መክሥተ አርእስት ም፡ ፩	መግለጺ ኣርእስቲ ም. 1
ምዕራፍ ፩	**ምዕራፍ 1**
፩. በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ ንዌጥን በረድኤተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቡቱ መድኃኒትነ በጽሒፈ ሃይማኖተ አበው መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	1. ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣመንና፡ በቲ ድኅነትና ዝተረኽበሉ ረድኤት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይቶም ነታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ሓንቲ ምእመን ቤተ ክርስቲያን ዝመሃሩ ኣቦታት ሃይማኖት ክንጽሕፍ ንጅምር ኣሎና።
፪. ወነጊረ ሃይማኖተ ኵሉ ለለአሐዱ አሐዱ እምኔሆሙ በእንተ ሃይማኖት ቅድስት ዘነበበ መንፈስ ቅዱስ በልሳናቲሆሙ።	2. ብዛዕባ እዛ መንፈስ ቅዱስ ብቓሉም ዝተዛረባ ክብርቲ ሃይማኖት፡ ንነፍስ ወከፍ ኵሉ ሃይማኖት ክንዛረብ ንጅምር ኣሎና።
፫. በእንተ ቅድስት ሥላሴ ወትሥጉተ ቃል አሐዱ አካል እም፮ቱ አካላት ወተዋሥኦ ምስለ ዐላውያን።	3. ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ፡ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ቃል ሰብ ብዛዕባ ምኻኑ ምስ መናፍቓን ውን ብዛዕባ ዝተገብረ ክርክር።
፬. ንቀድም ወንጽሕፍ ቃሎ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ እመጽሐፈ ኪዳን።	4. ኣቐዲምና ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዛረቦ ካብ መጽሓፈ ኪዳን ክንጽሕፍ ኢና።
፭. ወናተሉ ነገሮሙ ዘመሀሩነ አጋእዝት ብርሃናተ ዓለም ፲ወ፪ቱ ሐዋርያት ወሱታፌሆሙ ጳውሎስ ንዋይ ኀሩይ። መዝ ፻፳፪(፻፳፩)፡ ፭። ማቴ ፭፡ ፲፬። ፲፱፡፳፰። ግብ ሐዋ ፱፡፲፭።	5. እቶም ናይ ዓለም ብርሃናት መምህራን 12 ሓዋርያት ዝመሃርዎ፡ ተሓባባሪኦም እቲ ምሩጽ ኣቐሓ ጳውሎስ ውን ዝተዛረቦ ከኖስዕብ ኢና። መዝ 121(122)፡5። ማቴ 5፡14። 19፡ 28። ግብ ሐዋ 9፡15።
፮. ወያዕቆብ ዘተሰምየ እኁኁ ለእግዚእነ ኤጲስ ቆጶስ ዘኢየሩሳሌም ወ፯ቱ ዲያቆናት ፎ ወ፪ቱ አርድእት ሰባክያን። ሉቃ ፲፡፭። ግብ ሐዋ ፮፡፭። ገላ ፩፡፲፱። ያዕ ፩፡፩።	6. ኃው ጐይታና ዝተሰምየ ናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጶስ ያዕቆብ ዝተዛረቦ ከምኡ ውን ወንጌል ዝመሃሩ 72 ኣርድእትን 7ተ ዲያቆናትን ዝመሃርዎ ። ሉቃ 10፡1። ግብ ሐዋ 7፡5። ገላ 1፡19። ያዕ 1፡1።
፯. ወአበው ሊቃነ ጳጳሳት ወኤጲስ ቆጶሳት አምሳሊሆሙ እለ እምድኅሬሆሙ ትውልድ ድኅረ ትውልድ እስከ ተፍጻሜተ መዋዕለ አባ ክርስቶዶሉ ፩ዱ እምሊቃነ ጳጳሳት ዘለእስክንድርያ።	7. ክሳዕ እቲ ሓደ ካብ ናይ እስክንድርያ ሊቃነ ጳጳሳት ኣባ ክርስቶዶሉ ዝተሾመላ ፍጻሜ ዘመን፡ ድኅሪ ሓዋርያት ኣብ ተኸታታሊ ወለዶ ዝተንሥኡ ኣቦታት ሊቃነ ጳጳሳትን ዝመስልዎም ኤጲስቆጶሳትን ዝተዛረብዎ ክንጽሕፍ ኢና።
፰. ወእምዝ ይተሉ ግዙተ ጉባኤ እምኔሆሙ ላዕለ ዘዐለዉ ሃይማኖቶሙ እምውሉደ ጥምቀት ወብዙኅ ስምዕ እምንባቦሙ ለአጽንዖ ሃይማኖቶሙ።	8. ኣብቶም ኣሚኖምን ተጠሚቆምን ዝነበሩ እሞ ሃይማኖቶም ዝለወጡ ሰባት ንእኦም ብጉባኤ ዝተኣዘዘ ግዝት፣ ከምኡ ውን ሃይማኖት ንምጽናዕ ካብ ዝተዛረብዎ ብዙኅ ምስክር ክስዕብ እዩ።

መክሥተ አርእስት ም. ፩ እልመስጠአግያ ም. ፪.	መግለጺ አርእስቲ ም. 2 እልመስጠአግያ ም. 2.
፱. ተተርጕመ እምልሳነ ቅብጥ ለዐረብ ወይእዜኒ ተርጕምኖ እምልሳነ ዐረቢ ለግዕዝ በሥምረቱ ወበክሂሎቱ ለእግዚአብሔር።	9. ኑቲ ካብ ቋንቋ ቅብጥ ናብ ዓረብ ዝተተርጕመ፣ ሕጂ ውን ብፍቓድ እግዚአብሔር ብናቱ ከሃልነት ካብ ዓረብ ናብ ግእዝ ተርጕምናዮ።
፲. ዘይክል ኮሎ ወአልቦ ዘይሰአኖ ለዓለም ዓለም አሜን። ኤር ፴፬፡፲፯።ሉቃ ፩፡፴፯። ፪ ቆሮ ፲፫፡፫።	10. ገባሪ ኮሉ ዝሰኣኖ ዘይብሉ ንዘለዓለም፣ አሜን። ኤር 34፡17። ሉቃ 1፡37። 2ይ ቆሮ 13፡3
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፪	**ምዕራፍ 2**
፩. ይቤሉ ፲ወ፪ቱ ሐዋርያት ወጳውሎስ ንዋይ ጎሩይ ወያዕቆብ ዘተሰምየ እጐኑ ለእግዚእነ ኤጲስ ቆጶስ ዘኢየሩሳሌም ወ፯ቱ ዲያቆናት ፘወ፪ አርድእት እመጽሐፈ ኪዳን ሃይማኖት ዘመሀረነ እግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ለሐዋርያቲሁ ቅዱሳን ያንብብዋ ምእመናን እምቅድመ ቅዳሴ ንጹሕ ለዛቲ ሃይማኖት እልመስጠአግያ።	1. እቶም ዓሰርተው ክልተ ሓዋርያት፣ ጎሩይ ኣቐሓ ጳውሎስ፣ ኃው ጐይታ ዝተሰምየ ናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስ ቆጶስ ያዕቆብ፣ 7ተ ዲያቆናትን 72 ኣርድእትን÷ ' ነዛ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣና ንሓዋርያት ዝመሃረና፣ ካብ መጽሓፈ ኪዳን ዝተረኽበት ሃይማኖት ምእመናን ቅድሚ ቅዳሴ (ድርገት) የንብብዋ' በሉ።
፪. ወይእቲ ሃይማኖት እንተ መሃሮሙ እግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ለአርዳኢሁ ቅዱሳን ያንብብዋ ምእመናን እምቅድመ ቅዳሴ ንጹሕ።	2. እዛ ቅድሚ ቅዳሴ ምእመናን ዘንብብዋ፣ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝመሃሮም ሃይማኖት እያ።
፫. ዘቅድመ ሀሎ ወይሄሎ እስከ ለዓለም ዘመጽአ ወዘይመጽእ። መዝ ፺(፻፱)፡፪። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	3. ቅድሚ ዓለም ዝነበረ፣ ነዚ ዓለም እዚ ኣጎሊፉ ንዘለዓለም ዝነብር ንኮነተ ሥጋ ዝመጸ ዳግማይ ክኣ ነዚ ዓለም እዚ ንኸጎልፍ ዝመጽእ። መዝ 90 (89)፡2 ። ዮሓ 1፡1-14 ።
፬. ዘሐመመ፣ ዝሞተ፣ ዝተቐብረ፣ ዝተንሥአ ካብ **አብ** ዝተገልጸ፣ ፃዕረ ሞት ዝጥፍአ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥአ እዩ። መዝ 12(11)፡5 ። ኢሳ 53፡4-10። ማቴ 3፡17። 17፡5-7። 28፡6። ዮሓ 8፡54። 1ቆሮ 15፡55። ግብ ሓዋ 2፡24።	4. ዝሓመመ፣ ዝሞተ፣ ዝተቐብረ፣ ዝተንሥአ ካብ **አብ** ዝተገልጸ፣ ፃዕረ ሞት ዝጥፍአ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥአ እዩ። መዝ 12(11)፡5 ። ኢሳ 53፡4-10። ማቴ 3፡17። 17፡5-7። 28፡6። ዮሓ 8፡54። 1ቆሮ 15፡55። ግብ ሓዋ 2፡24።
፭ ዘአንገሦ ለሥጋ አዳም በመንፈስ ቅዱስ ወረሰዮ ቅዱሰ ወማሕየዊ።	5. ብናይ መንፈስ ቅዱስ ሕይወትነት ንባህርይ ኣዳም ዘኽበሮን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝገበሮን ንሱ እዩ።

እልመስጦአግያ ም. ፪.	እልመስጦአግያ ም. 2.
፪ ዘለብሶ ለአዳም መዋቲ ወአንሥአ ወአዕረጎ እስከ ሰማያት በሥጋ ዘሞየ ለሞት ወአስተጎፈሮ ለዲያብሎስ ዘኮነ ሥሉጠ ወንጉሠ መዋዕለ ነዋኃ። ዮሐ ፲፥፲፭-፲፰። ፩ጴጥ ፫፥ ፳፪-፳፪።	6. ንመዋቲ ሥጋ ዝተዋሓዶ፡ ዘተንሥኡ፡ ናብ ሰማይ ዘዕረጎ፡ ብሥጋ ንሞት ዝሠዓሮ፡ ነቲ ን5500 ዘመን ነጊሡን ሠልጢኑን ዝነበረ ዲያብሎስ ዘጥፍኡ ንሱ እዩ። ዮሓ 10፡17-18።1ይ ጴጥ 3፡21-22።
፫ ወሠጠጠ መሥገርቶ በቲኮ ጎምዘ ኃይሉ ወቀጥቀጠ መዋቅሕቲሁ። መዝ ፻፯(፻፮)፡፲፩-፲፮። ፻፵፬(፻፵፫)፡፮-፰። ቈላ ፪፡፲፬። ፩ዮሐ ፫፡፰።	7. ነቲ ኃይሉ ዝግለጸሉ ኃጢኣትን ፍዳን ደምሲሱ፡ ባርነት ኣጥፍኡ። መዝ 107(106)፡15-17። 124(123)፡6-8 ። ቈላ 2፡14። 1ይ ዮሓ 3፡8
፬ እስመ ገጹ ዘፍጹም በጽልመት ፈርሀ ወደንገፀ ዲያብሎስ ሶበ ርእዮ ለብሑተ ልደት ወልደ እግዚአብሔር ለቢሶ ሥጋእምድንግል ወሪዶ ውስተ ሲኦል። ሕዝ ፳፰፡፲፫-፲፰። ፩ጴጥ ፫፡፲፱።	8. እቲ ገጹ ብጸልማት ዝተሸፈነ ዲያብሎስ፡ ነቲ ኣብ ልደት ሥልጣን ዘለዎ ወልደ እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ሥጋ ተዋሒዱ ናብ ሲኦል ወሪዱ ምስ ርኣዮ ፈርሐን ሰንበደን።ሕዝ 28፡13-18።1ይ ጴጥ 3፡19።
፭ ለሊሁ ምክር ዘኢይትከፈል በአሐቲ ምክር ምስለ አቡሁ ሰማያተ ገብረ። ዘፍ ፩፡፩። ዮሐ ፩፡፬።	9. ዘይፍለ ምኽሪ ንሱ ብሓንቲ ፍቓድ ምስ ኣቦኡ ሰማያት ፈጠረ። ዘፍ 1፡1። ዮሓ 1፡4።
፮ ምስለ አቡሁ አክሊሎሙ ለመላእክት ወለሊቃነ መላእክት ኃይል ለኃያላን ፈቃድ ወለአጋእዝት መንፈስ። መዝ ፻፫(፻፪)፡፳፩-፳፩። ፻፴(፻፳፱)፡፬።	10. ምስ ኣቦኡ ኣኽሊል መላእኽቲ እዩ። ንሊቃነ መላእኽቲ ውን ኃይሎም እዩ። ናይ ኃያላን ፍቓዶም እዩ፡ ንጐይቶት ውን ርቀቶም እዩ። መዝ 103(102)፡ 19-22። 104(103)፡4 ።
፯ መስፍነ መንግሥት እንተ ለዓለም ለቅዱሳን ርእስ። መዝ ፻፵፫፡(፻፵፪)፡፲፫። ዳን ፯፡፲፬። ሉቃ ፩፡፴፫።	11. ጐይታ ናይታ ንዘለዓለም ጸኒዓ እትነብር መንግሥቲ ዘለዋ ንሱ እዩ። ናይ ቅዱሳን ገዛኢ እዩ። መዝ 143(142)፡13። ዳን 7፡14። ሉቃ 1፡33።
፰ ሕሊናሁ ለአብ ዘኢይትረከብ ውእቱ ጥበቡ ለአብ ውእቱ ኃይሉ ውእቱ የማኑ።	12. ዘይምርመር ናይ አብ ሕሊናኡ ንሱ እዩ። ጥበቡ፡ ኃይሉ፡ የማናይ ኢዱ ንሱ እዩ።
፱ ውእቱ ሕሊናሁ ውእቱ ምክሩ ውእቱ እዴሁ መዝራዕቱ ለአብ ውእቱ ። ኢሳ ፶፫፡፩።፶፫-፩። ዮሐ ፲፪፡፴፰ ሮሜ ፩-፲፩። ፲፩፡፴፬።	13. ምኽሩ፡ ሕሊናኡ ንሱ እዩ። የማናይ ኢዱ ቅልጽሙ ንሱ እዩ። ኢሳ 40፡13። 53፡1 ። ዮሓ 12፡38 ። ሮሜ 1፡11። 11፡32።

❖ ❖ ❖

❖ ❖ ❖

እልመስጠአግያ ም. ፫	እልመስጠአግያ ም. 3
ምዕራፍ 3	**ምዕራፍ 3**
፩ ነአምን ወንገኒ ከመ ውእቱ ብርሃነ መድኃኒትነ ምሥዋር ወረድኤት ። መዝ ፹፫(፹፬)፡፪።ግብ ሐዋ ፩፡፴፰።	1 ብርሃን ድኅነትና ንሱ ከምዝኾነ ንአምን። ዝሥውርን ዝረድእን። መዝ 85፡2። ግብ ሐዋ 1፡38 ።
፪ ወመምህር ዘየዐሚ ዘይትቃወም ለነ ቅጽርነ ተወካፊነ ኖላዊነ ወመድኃኒነ ውእቱ።ማቴ ፲፡፳።፳፫፡፫።፪ጢሞ፬-፰።	2 ዓስቢ ዝህብ መምህር፡ ዝከራኸረልና ንሱ እዩ። መጸግዒና እምባ፡ብረድኤት ዝቐበለና ሓላዊና፡ ብሃይማኖት ዘጽንዓና ንሱ እዩ።ማቴ 10፡20።23፡3።2ይ ጢሞ 4፡8።
፫ ጥንተ ዐንቀጽ መካነ ሕይወት ፈውስነ ሲሳይነ ስቴነ መኰንንነ። ዮሐ ፲፡፩-፲፭። ፮፡፶፬-፶፰። ፩ቆሮ ፲፩፡፳፫-፴፩።	3 ጥንታዊ ዓንቀጽ፡ ቦታ ሕይወት፡ ዘድኅን መግቢ፡ ዝፈርደልና መስተና እዩ። ዮሓ 1፡1-15። 6፡54-58።1ይ ቆሮ 11፡23-31።
፬ ዘነአምን ቦቱ ከመ ለሊሁ ሐመ ዘተወ ልደ ወኢተገብረ ዘሞተ ሕያው። ሉቃ ፳፬፡፭። ዮሐ ፩፡፩። ፪ቆሮ ፲፫፡፬።	4 መከራ ከም ዝተቐበለ ንአምኖ ንሱ እዩ። ዝተወልደ፡ ዘይተፈጥረ፡ዝሞተ ንሱ ሕያው እዩ። ሉቃ 24፡5። ዮሓ 1፡1 2ይ ቆሮ 13፡4።
፭ ውእቱ ወልደ አብ ዘኢይትከፈል ወያረ ኃጢአተነ እንዘ አልቦ ኃጢአት። ኢሳ ፶፫፡፬-፱፡ ዮሐ ፰፡፵፮።፪ ቆሮ ፭፡፳፩።	5 ዘይፍለ ወልደ **አብ** ንሱ እዩ፡ ኃጢኣት ዘይብሉ ከሎ ኃጥእ ዝተባህለ ንሱ እዩ። ኢሳ 53፡4-9። ዮሓ 8፡46። 2ይ ቆሮ 5፡21።
፮ ዘእምሰማያት እምሕፅነ አብ አይኅአ በሕማማተ ሥጋሁ ቤዘወነ ። ዮሐ ፲፮፡፳፰። ዕብ ፬፡፲፬።	6 ኣብ ልዕልና ካብ ዘሎ ካብ ሓድነት **አብ** ከይተፈለየ ካብ ሰማይ ዝወረደ፡ በቲ ብሥጋኡ ዝተቐበሎ መከራ ኣድኃነና። ዮሓ 16፡28። ዕብ 4፡14።
፯ ዘከፈለነ ሥጋሁ መድኃኔ ወደሞ ማሕየዊ መንፈሰ ቅድሳት ወሕይወት ዘአንጽሐነ በማየ ጥምቀት። ኤፌ ፭፡፳፮-፳፱። ፩ቆሮ ፩፡፴።	7 ሃብተ ንጽሕ ሃብተ ሕይወት ዝኾነ ዘድኅን ሥጋኡን ደሙን ዝኸፈለና ንሱ እዩ። ብማይ ጥምቀት ዘንጽሐና ንሱ እዩ። ኤፌ 5፡26-29። 1ይ ቆሮ 1፡30 ።
፰ ዘያበርህ ውስተ አልባቢሆሙ ለእለ ይፈርህዎ እንዘ ምስሌሆሙ ለዝላፉ ሀሎ። ዘሌዋ ፳፮፡፲፩። ኤር ፴፪፡፴፰-፵። ፪ቆሮ ፮፡፲፮-፲፰። ፪ጴጥ ፩፡፲፱።	8 ንዘለዓለም ኃዲርዎም ዝነብር ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ልቢ እቶም ዘፍርህዎ ሰባት ኃዲሩ ፍልጠት ዝገልጽ ንሱ እዩ። ዘሌዋ 26፡11። ኤር 32፡38-40። 2ይ ቆሮ 6፡16-18። 2ይ ጴጥ 1፡19 ።
፱ ዘረሰየነ ነኪራነ እምፍኖተ ሰይጣን ጎዳፌ ነፍሳቲነ ዘቦቱ ኮልነ ንትዌከል ውእቱ አምላክ ዘእምቅድመ ኵሉ አዝማን። ቈላ ፩፡፲፫። ፩ጴጥ ፪፡፳፭። ፩ዮሐ ፩፡፩።	9 ካብቲ ሰይጣን ዝኸዶ ኵሉ ኃኽንፍለ ዝገበረና ንሱ እዩ። ነፍሳት ውን ካብ ኃጢኣት ዝፈልን ዘንጽሕን ንሱ እዩ። ኵልና ውን እንኣምኖን ቅድሚ ኵሉ ዘመናት ዝነበረ ኣምላኽ እዩ።ቈላ 1፡13። 1ይ ጴጥ 2፡25 ። 1ይ ዮሓ 1፡1 ።
፲ ወውእቱ ህልው ዘልፈ ምስለ እግዚአብሔር አብ ዘእምቅድመ ዓለም። ዮሐ ፲፡፴ ።	10 ንሱ ቅድሚ ዓለም ምስ ዝነበረ እግዚኣብሔር **አብ** ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነብር እዩ። ዮሓ 10፡30 ።

እልመስጠአግያ ም. ፫	እልመስጠአግያ ም. 3
፲፭ ዘውእቱ ሶበ ርእዮ ለዓለም በማዕሠረ ኃጢአት እንዘ ይትኃጐል በኃዲገ አእምሮ ወበአንሳግዎ ዘስሒት እምኃይለ ሕሊና እሳታዊት ፈቂዶ ከመ ይፈውስ ትዝምደ ሰብእ ተገምረ በማኅፀነ ድንግል ተኃቢአ ለኵሉ ኃይል እለ በሰማያት ማኅደር ። ዘፀአ ፫፥፯። ግብ ሐዋ ፯፥፴፬።	11 ንሱ ካብታ እተንድድ ሕሊና ዝተላዕለ፥ ስሕተት ብዘምጽአ ምብቑንን አእምሮ ምስአንን ዓለም ብፍዳ ተታኂዙ ክጕዳእ ምስ ርኣዮ፥ ባህርይ ሰብ ንከድጎን ፈተዩ ካብቶም አብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ ተሠዊሩ አብ ማኅፀን ድንግል ተወሰነ። ዘፀአ 3፡7። ግብ ሐዋ 7፡34 ።
፲፪ አቅረበነ ኀቤሁ ወፈወሰ ኵሎ ሕሊናቲነ ወረሰየ ኵሎ ኃይለ መስተቃርን ኀበ ኢያእምሮ። ዮሐ ፲፬፥፮። ኤፌ ፪፥፲፯ ።	12 ናብኡ ኣቕርበና፣ ኻኾሉ ክፉእ ሕሊና ኣርኃቐልና። ነቶም ኣጋንንቲ ውን ዘይፈልጡ ገበሮም። ዮሐ 14፡6። ኤፌ 2፡17።
፲፫ ወሥጋ ለብሰ ዘይማስን ዘኢይትረከብ ወኢይማስን ለሥጋ መዋቲ ረሰዮ ዘኢይማስን ወበእንተዝ አስተርአየ በሥጋ መዋቲ አዳም ዘለብሰ አርአያ ዘኢይማስን ዘቦቱ በአርአያ ዘይማስን ሞተ ወፈትሐሙ ለእለ ውስተ ኃጕል በወንጌሉ። ዮሐ ፩፥፲፬።፩ጢሞ ፫፥፲፮። ፊልጵ ፪፥፮፥፰። ፩ጴጥ ፫፥፳።	13 እቲ ዘይምርመር ዘይልወጥ ቃል፣ ዝልወጥ ሥጋ ተዋሓደ። ነቲ ምልዋጥ ዝሰማምየ ዝነበረ ሥጋ ዘይልወጥ ገበሮ። በዚ ኸኣ ቡቲ ዝተዋሓዶ መዋቲ ሥጋ ኣዳም ተገልጸ። እቲ ዘይልወጥ ባህርይ ዘለዎ ቃል ቡቲ ዝልወጥ ባህርይ ዘለዎ ሥጋ ሞተ። ነቶም ብፍዳ ዝተታኅዙ ብወንጌሉ ኣድኃኖም።ዮሓ 2፡14። 1ይ ጢሞ 3፡16።ፊል 2፡6-8።1ይ ጴጥ 3፡20።
፲፬ ወትእዛዛተ ጽድቅ መጠዎሙ ዘውእቱ ቃለ ብሥራት ዘመንግሥት ወእምእገለ እመሕያው ማእሠረ ሰይጣን በተከ ከመ በሞተ እግዚእነ ሕይወተ ንትካፈል ወእምነ ኢያእምሮ ልቡና ንንሣእ ወንንቃሕ በውስተ ዓለም አማናዊ። ማቴ ፮፥፲-፲፫። ዮሐ ፫፥፴፮። ፲፬፥፩። ፩ዮሐ ፪፥፩። ዕብ ፪፥፲፬። ሮሜ ፲፫፥፲፩-፲፫።	14 ነቲ ሓቀኛ ትእዛዙ ሃቦም። እዚ ኸኣ ነገረ ጐይትነቱ እትዛረብ ናይ ወንጌል ቃል እዩ። ካብ ሰብ ውን ባርነት ሰይጣን ኣጥፍኡ። ብሞት ጐይታና ሕይወት ክንረክብ፣ ካብ ድንቀጕርና ከኣ ፍልጠት ክንጎዝ፣ ኣብታ ዘይትኃልፍ መንግሥተ ሰማያት ንምንባር ካብ ድቃስ ትህኪት ንንቃሕ።ማቴ 6፡10-13።ዮሓ 3፡36። 14፡1። ዕብ 2፡14። ሮሜ 13፡11-13።
፲፭ ውእቱሂ ከዊኖ ሰብአ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ወነሥአ ሥጋ መዋቴ ዘእምአዳም ለተወልዶቱ ውእቱ ቀዳማዊ ዘመጽአ ለተወልዶ ሥጋዊ። ገላ ፬፥፬።	15 ሰብ እኳ እንተኾነ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር እዩ። ብሥጋዊ ልደት ኻኽውለድ ዝመጸ ቀዳማይ ንሱ፣ ምእንቲ ክውለድ ነቲ ካብ ኣዳም ዝተረኽበ መዋቲ ሥጋ ተዋሓደ። ገላ 4፡4።
፲፮ ዘውእቱ አምላክ ዘበአማን ዘበነቢያት አቅደመ ተዐውቆ ወበሐዋርያት ተሰብከ። ዮሐ ፩፥፵፮። ሮሜ ፱፥፭። ግብ ሐዋ ፩፥፰ ።	16 ሰብ ዝኾነ ንሱ ሓቀኛ ኣምላኽ እዩ። ኣቐዲሙ ብነቢያት ዝተፈልጠ፣ ብሓዋርያት ዝተሰብከ። ዮሓ 1፡46። ሮሜ 9፡5። ግብ ሐዋ 1፡8 ።
፲፯ ወቦቱ ይትአመኑ ኵሉ እንለ እመሕያው ዘተሰብሐ እምእግዚአብሔር አብ ወእመላእክት ተአኵተ። ሉቃ ፪፥፲፫-፲፬ ።	17 ኵሎም ሰባት ዝኣምንሉ ብእግዚአ ብሔር አብ ምስክርነት ዝተገልጸ፣ ብመላእኽቲ ውን ዝተመስገነ እዩ። ሉቃ 2፡13-14።

እልመስጠአግያ ም. ፬	እልመስጠአግያ ም. 4
ምዕራፍ ፬	**ምዕራፍ 4**
፩ ተሰቅለ በእንቲአነ ወበመስቀሉ ኮነ ሕይወትነ ጽንዕነ ቤዛነ። ፩ ጴጥ ፪፡፳፬	1. ምእንታና ተሰቅለ። ብመስቀሉ ኸኣ ጽንዓ ትና በጃና ድኅነትና ተገብረ። 1ይ ጴጥ 2፡24።
፪ ዘውእቱ ምሥጢር ኅቡእ ፍሥሐ ዘኢይትዌዳእ በነጊር በዕበየ ትሩፋት ኮሎ ጊዜ እንተ ኢትትኄለቀኑ ወኢትርኅቅ እምእግዚአብሔር ወትረ ኢትሴስል ። ፩ቆሮ ፪፡፯-፩። ዕብ ፲፪፡፪	2 እዚ ድማ፥ ካብ እግዚአብሔር ዘይትርኅቕ ወትሩ ዘይትፍለን ኮሉ ጊዜ ዘይትልካዕን፡ ብዝኀ ለውሃቱ ብምዝራብ ዘይውዳእ ሓጐስ ዘለዎ ረቂቕ ምሥጢር እዩ። 1ይ ቆሮ 2፡7-1። ዕብ 12፡2።
፫ ወበእላ ከናፍር ውዱዳት ዖታ ነጊሮታ ኢይትከሀል ጥንቁቀ ምሥጢር ኅቡእ ዘኢየአምርዎ ምእመናን ወእመኒ ኮነ ዘኢይትረአይ ለሊሆሙ የአምርዎ ውእቱ ዝንቱ መስቀል ዘቦቱ ንትመካሕ ከመ ንሰብሖ። መዝ ፻፴፱(፻፴፰)፡፯። ገላ ፮፡፲፬።ማቴ ፲፩፡፳፫። ፩ቆሮ ፪፡፩።	3 በዘን ናይ ላዕልን ታሕትን ከናፍር ንእላ ተጠንቂቕካ ምዝራብ ኣይከኣልን እዩ። ምእመናን መርሚሮም ዘይበጽሕዎ ረቂቕ ምሥጢር እዩ። ዋላ እኳ ዘይምርመር እንተኾነ ንሳቶም ይፈልጥዎ እዮም። ኀሸነመስግኖ ንሕበነሉ መስቀል እዚ እዩ። መዝ 139(138)፡7። ገላ 6፡14። ማቴ 11፡25። 1ይ ቆሮ 2፡1።
፬ ወቦቱ እለ ነአምን ንሕነ ምእመናን ፍጹማን እምኮሉ ዘተነግረ ንፍልጥ ነፍሳቲነ እምኮሉ ሕሊናቲነ እንተ ታስተርኢ ወንረስያ ከመ ኢኮነት ህሉተ ዘበአማን ወበዝንቱ ንከውን ጽኑዓነ። ሮሜ ፭፡፲፩-፲፬። ፫፡፭-፲።	4 ንሕና ብእኡ እንኣምንን በቲ ኮሉ ዝተነግረ ፍጹማንን ዝኾንና ምእመናን፡ ካብ ኮሉ እትግለጽ ሕሊናና ንሰብነትና ንፍለ። ብሓቂ ከም ዘየላ ንግበራ። በዚ ኸኣ ብጽቡቕ ሕሊና ጽኑዓት ክንከውን ኢና። ሮሜ 7፡11-14። 8፡7-10።
፭ ነኪራነ ረስዩ ርእሰክሙ እምኮሉ ግብራት ኃላፍያት አጽምሙ አዕ ዛኒክሙ እለ ይትረአያ አውሩ አዕ ይንቲክሙ እለ በገሀድ። ፩ጴጥ ፬፡፫። መዝ ፻፲፱(፻፲፰)፡፴፯። ማቴ ፭፡፳፱-፴።	5 ሰብነትኩም ካብዚ ኃላፊ ግብሪ ፍለዩ። ነቲ ኣፍኣዊ እዝንኹም ካብ ምስማዕ፡ ኣፍኣዊ ዓይንኹም ውን ካብ ምርኣይ ግትኡ። 1ይ ጴጥ 4፡3። መዝ 119(118)፡37። ማቴ 5፡29-30።
፮ ከመ ታእምሩ ፈቃዶ ለኢየሱስ ክርስቶስ ወትለብዉ ምሥጢረ መድኃኒትክሙ። ፩ተሰ ፬፡፫። ፭፡፲፰-፳፫።	6 እዚ ድማ ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝፈትዎ ንክትፈልጡን ምሥጢር ድኅነትኩም ኽትርዱኡን እዩ። 1ይ ተሰ 4፡3። 5፡18-23።
፯ አንትሙ ዕደው ወአንስት ቅዱሳት እለ ሀለውክሙ ውስተ ተመክሖ በክርስቶስ ኩኑ አሐደ ምስለ ብእሲ ዘውስጥ አንትሙኬ እለ አጽንዓ እግዚአብሔር ኪዳኖ ምስሌክሙ ወሚመ መንፈሶ ውስቴትክሙ። ፪ቆሮ ፬፡፲፮። ኤፌ ፬፡፳፪-፳፬።ኢሳ ፶፬፡፲፫።ዕብ ፰፡፰-፲፪።	7 ኣቱም ብክርስቶስ እትምክሑ ክቡራት ሰብኡትን ኣንስትን! ነቲ ተግባር ነፍሲ ሥርሑ። እግዚአብሔር ኪዳን ሕጉ ዘጽንዓልኩምን መንፈስ ቅዱሱ ዘኅደረልኩምን ንሸኻትኩም ኢኹም ። 2ይ ቆሮ 4፡16። ኤፌ 4፡22-24። ኢሳ 54፡13። ዕብ 8፡8-12።

እልመስጠአግያ ም. ፬	እልመስጠአግያ ም. 4
፷ መጺአ እምድኅረ ሐመ ወወሪዶ ውስተ ሲኦል ዘውእቱ ነፍሰ ምውታን ፄወወ ለሕይወት። መዝ ፷፰(፷፯)፡፲፰። ኤፌ ፬፡፰።	8 ድኅሪቲ ሰብ ከይኑ መከራ ምቕባሉ ናብ ሲኦል ወሪዱ፡ ንነፍሳት ምውታን ናብ ሕይወት ዝማረኽ ንሱ እዩ። መዝ 68(67)፡18። ኤፌ 4፡8።
፲፭ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘሐደሶ ለሥጋ እምነ ጎጎል ወተወክፎ እሙስና። ዮሐ ፩-፲፬።	11 ንሥጋ ካብ ብልየት ዝሓደሶ፡ ካብ ምልዋጥ ኣድኒኑ ውን ዝተዋሓዶ እዚ መን እዩ፡ ዮሓ 1፡14።
፲፪ መኑ ውእቱ ዝንቱ እንበለ ሙስና ዘተወልደ ወተወክፎ ለሙስና ውእቱሰ ኢይማስን። ዕብ ፲፫፡፰።	12 ብዘይ ምልዋጥ ዝተወልደ ሕማምን ሞትን ናቱ ዝገበረ እዚ መን እዩ፡ ንሱ ግና ኣይልወጥን እዩ። ዕብ 13፡8።
፲፫ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘለብሶ ለሰብእ ምድራዊ ውእቱሰ ሰማያዊ ውእቱ። ፩ቆሮ ፲፭-፵፱።	13 ምድራዊ ሥጋ ዝተዋሓደ እዚ መን እዩ፡ ንሱ ግና ሰማያዊ እዩ።1ይ ቆሮ 15፡47።
፲፬ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘነኪር እምሕግየ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘእምዚአየ ይዜውዖሙ ለአሕዛብ እለ ነበሩ ኀቤየ ።ኢሳ ፶፫፡፱። ፩ጴጥ ፪፡፳፪። ዮሐ ፰፡፵፮። ፪ ቆሮ ፭፡፳፩	14. ካብ ሕገይ (ካብ ኃጢኣት) ዝተፈልየ እዚ መን እዩ፡ ነቶም ምሳይ ዝነበሩ ኣሕዛብ ካብቶም ወገነይ ፈልዩ ዝማረኾም እዚ መን እዩ፡ ኢሳ 53፡9። 1ይ ጴጥ 2፡22። ዮሓ 8፡47። 1ይ ቆሮ 5፡21።
፲፭ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘኮነ ሲሳየ ለኃይለ ነደ እሳት ወሞት ወውእቱሰ ሞያሙ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘኢክህሉ መዛግብተ ጽልመት ከመ ይሞቅሕዎ ።ዘዳግ ፴፪፡፲፪። ሮሜ ፲፡፮።ኤፌ ፬፡፱።	15. ነቲ ንነደ እሳትን ንሞትን ቀለብ ከይኑ ዝነበረ ሎሚ ግና ዝሰዓሮ እዚ መን እዩ፡ እቶም ጸልማት ዝተመልኡ መቓብርን ሲኦልን ጒዞም ከትርፍዎ ዘይከኣሉ እዚ መን እዩ፡ ዘዳግ 30፡12። ሮሜ 10፡6። ኤፌ 4፡4።
፲፮ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘሀሎ በዝንቱ አርአያ ወስብሐት ሐዲስ ወንይለ ዚአሁ ትከልኣኒ እግበር ቦቱ ዘእፈቅድ መኑ ውእቱ ዝንቱ እንበለ ኃጢአት ዘሞተ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘበብዝኀ ብርሃኑ ለመጋቤ ጽልመት አያሮ ። ኢሳ ፷፩፡፰። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፬-፶፭። ዮሐ ፲፪፡፴፩።ሉቃ ፳፪፡፶፫።	16. በዚ ሓድሽ መልክዕን ክብርን ዘሎ፣ ነቲ ብዘይ ብእኡ ክገብሮ ንዝደለኹ ውን ሥልጣኑ እትዓግተኒ እዚ መን እዩ፡ ብዘይ ኃጢኣት ዝሞተ መን እዩ፡ ብብዝኀ ብርሃኑ ነቲ ሓለቓ ጽልመት ዕዉር ዝገበሮ እዚ መን እዩ፡ ኢሳ 25፡8። 1ይ ቆሮ 15፡54-55። ዮሓ 12፡31። ሉቃ 22፡53።
፲፯ ወኢኀደጎ ላዕለ እሊአሁ ይስፍን አላ ኮሎ ኀበ ሰማያት ይስሕብ እለ ተውህባኒ ነፍሳተ ምንትኑ ዝንቱ ስብሐት ዘኮነ አሐደ ምስለ ዘይማስን ወይከልአኒ አማስኖቶ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘለኪፎቶ ኢይክል መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘየዐውዶ ዝንቱ ብርሃን ዘኢይ ነትግ። ዮሐ ፲፪፡፴፪። ግብ ሐዋ ፪።፳፬-፳፭። መዝ ፻፬(፻፫)፡፩-፬ ።	17. ኣብቶም ወገናቱ ዝኾኑ ንኽገዝእ ዘይኃደጎ እዚ መን እዩ፡ እኳ ደኣ ንኹሉን ተዋሂበናኒ ዝነበራ ነፍሳት ናብ ሰማይ ይወስድ። ምስቲ ብሕማምን ሞትን ዝልወጥ ባህርይ ሓደ ዝኾነ፡ ንኸይቀርናኖ ዝኽልክለኒ እዚ ሥልጣን እዚ እንታይ እዩ፡ ክቀርን ዘይከኣለ እዚ መን እዩ፡ ጕድለት ዘይብሉ እዚ ብርሃን ዝኸበበ መን እዩ፡ ዮሓ 12፡32። ግብ ሐዋ 2፡24-25። መዝ 104(103)፡1-4።

እልመስጠአግያ ም. ፬ ም ፭	እልመስጠአግያ ም. 4 ም. 5
፲፭ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘሠዐረኒ እምሚመትየ ከመ ኢያኅጕል እሊአሁ ለዝንቱ ዘአማስን በላዕሌሁ አልብየ። ዮሐ ፲፯፥፲፪። ፲፭፥፱	17 ነቶም ወገናቱ ዝኾኑ ንከየጥፍእ ካብ ሹመተይ ዝሠዓረኒ እዚ መን እዩ፤ አብ ርእሱ ሠልጢነ ዝጐድአ የብለይን። ዮሐ 17፥12። 18፥9።
፲፱ ዝንቱ ውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተሰቅለ ዝንቱ ውእቱ ዘቦቱ ጸጋማይ የማናየ ኮነ።፩ ቆሮ ፩፥፳፫።	18 ንሱ ኸኣ እቲ ዝተሰቐለ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ብጸጋም ዝነበረ ናብ የማን ዝኃለፈ ንሱ እዩ። 1ይ ቆሮ 1፥23።
፳ ወአዕረጎሙ ለትሑታን እለ ውስተ ሲኦል እስከ ሰማይ ላዕለ ወለደኃርትኒ ረሰዮሙ ቅድመ። ማቴ ፲፱፥፴። ኤፌ ፪፥፩-፯።	19 ነቶም ኣብ ሲኦል ዝነበሩ ነፍሳት ናብ ገነት ዘእተዎም፣ ካብ ክብሮም ወፂኦም ንዝነበሩ ናብ ውልድነት ዝመለሶም ንሱ እዩ። ማቴ 19፥30። ኤፌ 2፥4-6።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፭	**ምዕራፍ 5**
፩ እሙታን ተንሢኦ ወሲኦለ ከይዶ በሞቱ ለሞት ደምሰሶ ወእምድኅረ ተንሥአ እሙታን በሣልስት ዕለት አእኰተ ቃለ እግዚአብሔር አብ እንዘ ይብል አአኵተከ ኦ አብ። መዝ ፷፰ (፷፯)፥፩።ፊ፰(ፊ፯)፥፷፩-፷፪።ዕብ ፪፥፲፬።	1 ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሢኡ ንሲኦል ረጊጹ ብሞቱ ንሞት ኣጥፍኡ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ምስ ተንሥአ፣ 'ኣ ኣቦይ ኣመስግነካ ኣለኹ' ኢሉ ሥግው ቃል ኣመስገነ። መዝ 68(67)፥1።78(77)፥65-66። ዕብ 2፥14።
፪ አኮ በእላ ከናፍር ሥጋውያት ወኢበዛቲ ልሳን ዘባቲ ጽድቅ ወሐሰት ይወጽኡ ወኢበዝንቱ ቃል ዘይወጽእ እምፍጥረተ ጠባይዕ ሥጋዊ አላ አአኵተከ ኦ ንጉሥ በዝኩ ቃል እምነቤከ እለ በኵሉ ይትዐወቅ ዝንቱ ዘኢይትማሰል በአርጋኖን ሥጋዊ።መዝ ፲፱(፲፩)፥፩። ፫፥፭-፯። ዮሐ ፩፥፩-፫።	2 ዘመስግነካ ከኣ በዞም ሥጋውያን ከናፍር ኣይኮነን፤ በዛ ሓቅን ሓሶትን ዝዝረበላ ልሳን ኣይኮነን። በቲ ካቦኻ ንጉሥ ተረኺቡ ብኵሉ ዝፍለጥ በዚ ቃል እዚ እምበር በዚ ካብ ሥጋዊ ባህርይ ዝርከብ ቃል ኣይኮነን። እዚ ቃል እዚ ምስ ሥጋዊ መሰንቆ ዘይመሳሰል እዩ። መዝ 12(11)፥1። 3፥5-7። ዮሓ 1፥1-3።
፫ ዘበዕዝነ ሥጋ ኢይበውእ ወኢበዝ ቃል ዘበዓለም ሀለወ ወበምድር ይትበሀል ዘፍጥ ፳፯፥፲፯-፳፫።	3 ናብ ሥጋዊ እዝኒ ዘይኣቱ እዩ። በቲ ኣብዚ ዓለምዚ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዝንገርን ቃል ውን ኣይኮነን። ዘፍጥ 27፥16-23።
፬ አላ በቃል እንተ ባቲ ኮነ ኵሉ ፍጥረት እምነቤከ ዝንቱ ውእቱ ቃል ዘህልው ውስቴትነ በመንፈስ ነባቢ።መዝ ፴፫(፴፪)፥፮። ዮሐ ፩፥፫-፭። ፲፯፥፲፬።	4 እኳ ደኣ ካቦኻ ተረኺባ ኵሉ ፍጥረት ዝተፈጥረላ ቃል እዩ። ኣብ ህልውና ኣቦኻን ኣባይን ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ህልው ኮይኑ ዚንገር እዚ ቃልዚ እዩ። መዝ 33(32)፥7። ዮሓ 1፥3-5። 17፥14 ።
፭ እስመ ለሊከ አንተ አብ ዘለሊከ ትትፈቀር ወለሊከ ትትዌደስ ዘቦቱ ኵሎሙ ፆታ ቅዱሳን ፍጹማን ይጼልዩ ኀቤከ። ዘፀአ ፲፭፥፲፩። ፩ቆሮ ፲፪፥፲፩።	5 ባዕልኻ እትፍቶ ባዕልኻ እትምስገን ንሸኻ ኣብ ኢኻ እሞ ኵሎም ፍጹማን ክቡራን ዝኾኑ ወገናት ምእመናን ናባኻ ይጽልዩ። ዘፀአ 15፥11። 1ይ ቆሮ 12፥11።

እልመስጠአግያ ም. ፭	እልመስጠአግያ ም. 5
፭ ኪያከ ይጼውዑ አርከ ኪያከ አበ ኪያከ መጋቤ ወኪያከ ረዳኤ። መዝ ፶፱(፶፰)፥ ፭-፱። ማቴ ፮፥፱-፲፫	6 ንኣኻ ፈታዊ፥ ንኣኻ ኣቦ፥ ንኣኻ መጋቢ፥ ንኣኻ ረዳኢ ጌሮም ይጽውዑ። መዝ 99(98)፥5-9። ማቴ 6፥9-13
፮ አምላከ ኵሉ እስመ ለከ ኵሉ ወኵሉ ብከ ወህልው ለኪከ ወአልቦ ካልእ ዘእንበሌከ ዘባሕቲትከ ሀሎከ ለዓለመ ዓለም አሜን። መዝ ፶(፱፬)፥፪። ፻፪(፻፩)፥፳፭-፳፯	7 ኀቡኩ ፈጣሪ ኵሉ ንኣኻ ይግዛእ፥ ኵሉ ብቓልካ ተፈጥረ፥ ከምኡ ውን ቅድሚ ዓለም ዝነበርካ ንሰኻ ኢኻ እሞ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ ስለዘይብልና ብሓቂ ንዘለዓለም እትነብር ንሰኻ በይንኻ ኢኻ። መዝ 90(89)፥2። 102(101)፥25-27።
፰ ወከመ ይክሥት ኖላዊ ኵሎ ጠባይዐ ምሥጢራት እምቅድመ ይጸሊ ኀበ አብ ወይዕርግ ከመ ትርአዩ ወታእምሩ ይቤለነ ኢየሱስ ይደልዎ ለኖላዊ ያእምር ዘንተ እልመስጠአግያ እንተ ይእቲ አንቀጸ ምሕላፍ ብሂል ። ዮሐ ፲፭፥፲፭-፳። ማቴ ፭፥፲፫።	8 እቲ ሓላዊ ኀቡኩ ሚላ ምሥጢራት ምእንቲ ክገልጽ ከምኡ ውን ምእንቲ ኽትፈልጡን ክትርድኡን ኢየሱስ ናብ አብ ቅድሚ ምጽላዩን ቅድሚ ምዕራጉን ከምዚ በለና፥ “እቲ ሓላዊ ነዚ እልመስጠአግያ ኽፈልጥ ይግብኦ” በለና። እዚኣ ኸኣ መእተዊት በሪ መንግሥተ ሰማያት ማለት እያ። ዮሓ 17፥16-20። ማቴ 7፥13።
፱ እስመ ሶበ አእመሩ ወጠየቁ በምስምዓ ቲሆሙ መነሃ ዘተሳተፉ እሙንቱ በቅድሳት ወለመኑ ይገብሩ ተዝካሮ በአኰቴት።ሉቃ ፳፪፥፲፱-፳። ፩ቆሮ ፲፩፥፳፫-፳፮።	9 ምኽንያቱ እቶም ብሥጋኡን ደሙን ዝተዛመድዎ፥ ብጸሎተ ቅዳሴ ውን ስሙ ዝጽውዕዎ መን ምኻኑ ብእዝኒ ልቡናኦም ምስዝፈልጡን ዝርድኡን ስለዝጥቀሙ እዩ።ሉቃ 22፥19-20።1ይቆሮ 11፥23-27።
፲ ወዓዲ ይቤሎሙ ለግዑራን አንትሙኒ ኦ አኃው ተፀወንክሙ ኀበ እግዚ አብሔር ወአእመንክሙ ከመ ሀለው ክሙ ቦቱ በባሕቲቱ። ኤፌ ፪፥፲፫። ዮሐ ፲፥፲፮	10 ከምኡ ውን ነቶም ሓደስቲ ኣመንቲ 'ኣቱም ኣጎዋት ናብ እግዚኣብሔር ቀረብኩም፥ ብእኡ ጥራይ ኣሚንኩም ጸኒዕ ኩም ከምዘለኹኹም ውን ፈሊጥኩም ኣለኹኹም' ይብሎም።ኤፌ 2፥13።ዮሓ 1፥6
፲፩ ወከመ ትንሥእዋ ለእንታክቲ እንተ ይቤ ከመ የሀብክሙ ኪያሃ። ዮሐ ፫፥፴፮።	11 እዚ ድማ ነታ ንእኣ ኸኽህበኩም ዝተዛረባ ሃይማኖት ናትኩም ኸትገብርዋ እዩ። ዮሓ 3፥36።
፲፪ ወይእቲኬ ዛቲ እንተ ኢርእያ ዓይን ወኢሰምዐ ባቲ ዕዝን ወኢተሐለየት ውስተ ልበ እጓለ እመሕያው እንተ አስተዳለዋ እግዚአብሔር ለእለ ያፈቅርዎ። ኢሳ ፷፬(፷፫)፥፬። ማቴ ፳፭፥፴፬። ፩ቆሮ ፪፥፫-፲።	12 እዚኣ ኸኣ ዓይኒ ዘይረኣያ፥ እዝኒ ዘይሰምዓ፥ ብልቢ ሰብ ዘይተሓስበት፥ እግዚኣብሔር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘዳለዋ እያ። ኢሳ 64(63)፥4። ማቴ 25፥34። 1ይ ቆሮ 2፥3-10።
፲፫ በከመ ይቤ ሙሴ ወባዕዳንሂ ቅዱሳን ነቢያት ከመ ይእቲ እግዚአብሔራዊት። ዘዳግ ፮፥፬። ዳን ፫፥፲፰። ዕንባ ፪፥፬	13 ከምቲ ሙሴን ካልኦት ቅዱሳን ነቢያትን፥ ሃይማኖት ገንዘብ እግዚኣብሔር ምኻና ዝተዛረቡ እዩ። ዘዳግ 6፥4።ዳን 3፥18። ዕንባ 2፥4።
፲፬ ዘሎቱ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ እስከ ለዓለመ ዓለም አሜን።	14 ክብርን ምስጋናን ጽንዓትን ንዘለዓለም ይግብኦ፡ ኣሜን።

አመ ዘሐዋርያት ፮

ምዕራፍ ፮

ክፍል ፩

፩ ወካዕበ ይቤሉ ፲ወ፪ ሐዋርያት ወጳውሎስ ሐዋርያ ወያዕቆብ እጉሁ ለእግዚእነ ወ፯ ዲያቆናት ፸ወ፪ አርድእት በዲድስቅልያ ዘእንተ ርትዕት ሃይማኖት ወቅድስት ሥላሴ ዘሰበኩ ለነ በጽድቅ ሐዋርያት ወንሕነኒ ደቂቀ እግዚአብሔር ወውሉደ ሰላም ንሰብክ ዘንተ ቃለ ቅዱሰ ለእለ ይትኤዘዙ በርትዕ። መዝ ፷፪(፷፩)፡፮። ሮሜ ፲፡፲፯

፪ ነአምን በ፩ አምላክ ገባሬ ኵሉ ፍጥረት አብ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ። ዮሐ ፭፡፲፯-፲፰። ፲፡፴፯። ማር ፩፡፲፩። ፪ቆሮ ፩፡፫ እስመ አልቦ በውስተ ህላዌሁ አመክንዮ ። መዝ ፺(፹፱)፡፪። ራእ ዮሐ ፳፪፡፴

፫ በከመ አቅደምነ ነጊረ አላ ባሕቱ ህልው በኵሉ መዋዕል አልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት።

፬ ወቦቱ ብርሃን ዘኢይጠፍእ ወአልቦ ዘይክል ቀሪበ ኀቤሁ።

፭ ኢኮነ ፪ ወኢ፫ ወኢይትዌሰክ አላ አሐዱ ውእቱ ባሕቲቱ ዘይነብር ለዓለም። ኤፌ ፬፡፮

፮ እስመ ኢኮነ ሥዉረ ዘኢይትአመር ዳዕሙ ጥዩቀ አእመርናሁ በኦሪት ወበነቢያት።

፯ ከመ ውእቱ አኃዜ ኵሉ ወሥሉጥ ላዕለ ኵሉ ፍጥረት። ዘዳግ ፴፪፡፮። መዝ ፴፫(፴፪)፡፭-፮። ዕብ ፩፡፩። ራእ ዮሐ ፲፭፡፫-፭

፰ አሐዱ እግዚአብሔር አብ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ

አመ ዘሐዋርያት 6

ምዕራፍ 6

ክፍሊ 1

1 ዳግማይ ኸኣ እቶም ብሓቂ ዝሰለኹልና ሓዋርያት ብዛዕባ ቅንዕቲ ሃይማኖትን ቅድስቲ ሥላሴን ኣብ ዲድስቅልያ ኣብ ዝተዛረብዎ፥ 12 ሓዋርያት፡ ሓዋርያ ጳውሎስ፡ ኃው ጐይታና ያዕቆብ፡ 7ቱ ዲያቆናትን 72ተ ኣርድእትን ከምዚ በሉ፡- 'ንሕና ደቂ እግዚኣብሔርን ዉሉድ ሰላምን ነቶም ብቅንዕና ዝእዘዙ ነዚ ቅዱስ ቃልዚ ንሰብኽ።' መዝ 22(21)፡6። ሮሜ 8፡27።

2 ንኵሉ ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ኣቦ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብእግዚኣብሔር **አብ** ንኣምን። ዮሓ 5፡17-18። 10፡37። ማር 1፡11። 2ይ ቆሮ 1፡3 ከመይ ንህላዌኡ ኣረካቢ(ምኽንያት) የብሉን። መዝ 90(89)፡2። ራእ ዮሓ 22፡30።

3 ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ ብኵሉ ዘመኑ በይኑ ንሱ ህልው እዩ እምበር መጀመርታን መፈጸምታን የብሉን።

4 ዘይልወጥ ብርሃን ናቱ እዩ። ናብኡ ክቐርብ ዝኽእል የልቦን።

5 ክልተ ኣይኮነን ሠለስተ ውን ኣይኮነን ተወሳኺ ውን የብሉን ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነብር ሓደ ጥራይ እዩ። ኤፌ 4፡6 ።

6 ብኦሪትን ነቢያትን ፈጺምና ፈለጥናዮ እምበር ዘይፍለጥ ሥዉር ኣይኮነን።

7 ንኵሉ ዝፈጠረ፡ ልዕሊ ኵሉ ዘሎ፡ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ሥልጣን ዘለዎ ከምዝኾነ። ዘዳግ 32፡6። መዝ 33(32)፡ 5-6። ዕብ 1፡1። ራእ ዮሓ 15፡3-5

8 ዓለም ከይተፈጥረ ዝተወልደ ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቦኡ እግዚኣብሔር **አብ** ሓደ እዩ።

አመ ዘሐዋርያት ም. ፮	አመ ዘሐዋርያት ም. 6
እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም ወልድ ዋሕድ ዘዕሩይ ምስሌሁ።	ወልድ ዋሕድ ምስኡ ማዕረ ዝኾነ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ።
፱ ገባሬ ኵሉ ሠራዊት ወሚመታት ወሥልጣናት ዘሥምረ ይኩን ሰብአ በደኃሪ መዋዕል።	9 ኵሉ ሠራዊትን ሚመታትን ሥልጣናትን ዝፈጠረ ብዳጎራይ ዘመን ውን ሰብ ንኪኸውን ዝፈቐደ።
፲ ወነሥአ ሥጋ እምእግዝእትነ ማርያም ቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ። ገላ ፬፡፬። ቈላ ፩፡፲፭-፲፰። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።	10 ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ውን ካብ ንጽሕትን ድንግልን ዝኾነት እመቤትና ማርያም ሥጋ ዝለበሰ። ገላ 4፡4። ቈላ 1፡15-18። ዮሓ 1፡1-18
፲፩ ወተሐፅነ ከመ ሰብእ ዘእንበለ ኃጢኣት ወአበሳ ወአልቦ ጕሕሉት ውስተ አፉሁ። ሉቃ ፪፡፶፪። ኢሳ ፶፫፡፱። ዮሐ ፰፡፵፮። ፩ጴጥ ፪፡፳፪።	11 ኃጢኣት ከይሠርሐ ከም ሰብ በብንእሽቶ ዓበየ፡ ኣብ ኣፉ ሓሶት የልቦን። ሉቃ 2፡52። ኢሳ 53፡9። ዮሓ 8፡46። 1ይ ጴጥ 2፡22።
፲፪ ወእምዝ ሐመ ወሞተ በሥጋ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት።	12 ብድጎርዚ ብሥጋ ሓመመን ሞተን። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥአ።
፲፫ ወዐርገ ውስተ ሰማያት ጎበ አብ ዘፈነዎ ወነበረ በየማነ ኃይል። መዝ ፻፮(፻፯)፡፩-፭። ማር ፲፮፡፲፱-፳። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳፪።	13 ናብቲ ዝለኣኾ **አብ** ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኃይሊ ብዘለዎ ማዕርነት ከኣ ተቐምጠ። መዝ 47(46)፡4-5። ማር 16፡19-20። 1ይ ጴጥ 3፡18-22።
፲፬ ወፈነወ ለነ ጸራቅሊጦስሃ መንፈስ ጽድቅ ዘወጽአ እምጎበ አብ ወአድጎነ ኵሎ ዓለመ ዘህልው ምስለ አብ ወወልድ።ዮሐ ፲፭፡፳፮-፳፯። ፪፡፩ ።	14 ኑቲ ካብ **አብ** ዝተረኽበ መንፈስ ሓቂ ጸራቅሊጦስ ለኣኸልና። ዓለም ዘድኃነ ምስ አብን ወልድን ብቅድምና ዝነበረ እዩ። ዮሐ 15፡26-27። ዮሐ 2፡1
፲፭ ንብል እንከ ከመ ኵሉ ሠናይ ፍልጠተ እግዚአብሔር ወአልቦ ግዱፍ።ዘፍ ፩፡፩-፲፰። ፩ጢሞ ፬፡፫-፭።	15 እምበኣር ኵሉ እግዚአብሔር ዝፈጠሮ ንጹሕ ከምዝኾነ፡ርኹስ ከምዘይብሉ ንዛረብ ኣሎና።ዘፍ 1፡1-18።1ይጢሞ 4፡3-5
፲፮ ወመንፈስሰ ሕይወተ ሥጋ ይእቲ ንጽሕት ወቅድስት በኵሉ። ሮሜ ፰፡፬-፰።	16 ሕይወተ ሥጋ ዝኾነት ነፍሲ ግና ብኵሉ ንጽሕትን ክብርትን እያ። ሮሜ 8፡4-8።
፲፯ ወንሕነሰ ንብል ከመ ሰብሳብ ንጹሕ ወልደት ዘአልቦ ርኵስ። ዕብ ፲፫፡፬።	17 ንሕናስ መውስቦ ንጹሕ ከምዝኾነ ምውላድ ውን ርኽሰት ከምዘይብሉ ንዛረብ ኣሎና።ዕብ 13፡4።
፲፰ እስመ ፈጠሮሙ እግዚአብሔር ለአዳም ወለሔዋን ከመ ይብዝኁ ሕዝብ።ዘፍ ፩፡፳፯-፳፰። ማቴ ፲፱፡፬።	18 ሕዝቢ ንኽበዝኑ እግዚአብሔር ንኣዳምን ሔዋንን ፈጠሮም። ዘፍ 1፡2-28። ማቴ 19፡4።
፲፱ ንለቡ እንከ ከመ ቦ ውስተ ሥጋነ ነፍስ እንተ ኢትመውት ወኢትማስን ምስለ ሥጋ። ማቴ ፲፡፳፰።	19 እምበኣር ምስ ሥጋ ዘይትመውትን ዘይትልወጥን ነፍሲ ኣብ ሥጋና ከምዘላ ፈሊምና ንፍለጥ። ማቴ 10፡28።

አመ ዘሐዋርያት ም. ፮	አመ ዘሐዋርያት ም. 6
፳ ወንሕነሰ ናስቄርር ኮሎ ግብሮሙ ለዕ ልዋነ ሃይማኖት ወኮሎ ፍልጠተ ወዓ ሊወ ሕግ እስመ ርኩሳን እሙንቱ በኀቤነ። ፪ዮሐ ፩፡፲-፲፩። ቲቶ ፩፡፲-፲፮። ፫፡፲።	20 እቶም ሃይማኖት ዝክሕዱ መናፍቃን ኀቡኦ ሥራሖም፡ ኮሉ ምፍልላይን ምልዋጥ ሕግን ዝገብሩ ንሳቶም ብኣና ጽሉኣት እዮም። 2ይ ዮሓ 1፡10-11። ቲቶ 1፡10-17። 3፡10።
፳፩ ወካዕበ ነአምን ትንሣኤ ሙታን ጻድቃን ወኃጥኣን ወዕለተ ኮነኔ አመ ይትፈደይ ኮሉ በከመ ምግባሩ። መዝ ፺፬(፺፫)፡፭፱-፮፩። ማቴ ፲፫፡፵፱-፶፫። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፪-፶፰።ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፪።	21 ከምኡ ውን ናይ ዝሞቱ ጻድቃንን ኃጥኣንን ትንሣኤ ንአምን ኢና። ኮሉ ከከም ግብሩ ፍርዲ ዝቕበለሉ መዓልቲ ውን ከምዘሎ ንአምን ኢና። መዝ 104(103)፡29-31። ማቴ 13፡39-43። 1ይ ቆሮ 15፡42-58። ራእ ዮሓ 22፡12።
፳፪ ወዓዲ ነአምን ከመ ክርስቶስ ኢኮነ ሕፀፀ እምትስብእቱ ወኢምንተኒ አላ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ በጽድቅ። ዮሐ ፩፡፩-፬።፩ዮሐ ፩፡፩-፲።	22 ደጊምና ውን ክርስቶስ ሰብ ብምኻኑ ፈጺሙ ጉድለት ከምዘይብሉ ንአምን። ብሓቂ ሰብ ዝኾነ ንሱ እግዚአብሔር ቃል እዩ። ዮሓ 1፡1-4። 1ይ ዮሐ 1፡1-10።
፳፫ ወዐረቀ ትዝምደ ሰብእ ምስለ እግዚአብሔር ሊቀ ካህናቲሁ ለአብ ። ዕብ ፪፡፲፯-፲፰።	23 ንሱ ሊቀ ካህናት፡ ንሰብ ምስ እግዚአብሔር ኣተዓረቐ። ዕብ 2፡17-18።
፳፬ ኢንትገዘር እንከ ከመ አይሁድ ነአምር ከመ መጽአ ዘይፈጽም ኦሪተ ወነቢያተ።ማቴ ፭፡፲፯-፳። ሮሜ ፪፡ ፳፯-፳፱። ፫፡፩ወ21-22	24 እምበኣር ንኦሪትን ነቢያትን ክፍጽሞም ከምዝመጸ ንፈልጥ ኢና እሞ ከም ኣይሁድ ኣይንገዘር። ማቴ 5፡17-20። ሮሜ 2፡27-29። 3፡1ወ21-22
፳፭ ዘኪያሁ ይሴፈዉ ምጽአቶ ኮሎሙ አሕዛብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሠርፀ እምይሁዳ ወእምሥርወ ዕሤይ ዘሥልጣኑ ዲበ መትከፍቱ ለኵቱ ስብሐት ወአኰቴት ዕበይ ወባርኮት ውዳሴ ወማኅሌት ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም።ኢሳ ፱፡፮-፱። ፲፩፡፩። ማቴ ፲፩፡፫-፮። ሮሜ ፰፡፲፱። ዕብ ፯፡፲፬። ራእ ዮሐ ፭፡፭ ።	25 ኮሎም ሰባት ናቱ ምምጻእ ተስፋ ዝገብሩ ካብ ይሁዳ ካብ ሥር ዕሤይ ዝተረኽበ ኢየሱስ ክርስቶስ ሥልጣኑ ናይ ባህርዩ እዩ። ንእኡ ፍጹም ምስጋናን ልዕ ልናን ባርኾትን ምስጋናን ዝማሬን ሎምን ንዘለዓለመ ዓለምን ይኹን። ኢሳ 9፡6-9። 11፡1። ማቴ 11፡3-6። ሮሜ 8፡18። ዕብ 7፡14። ራእ ዮሓ 5፡5።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፳፮ ወዓዲ ይቤሉ በዲድስቅልያ ውስተ ክፍል ዘዘከሩ ቦቱ ትንሣኤ ሙታን ከመዝ ንሕነ ምእመናን አርዳኢሁ ለክርስቶስ ነአምን በኪዳን ምእመን ውእቱ ወኢይሔሱ በዘነበበ። መዝ ፹፱(፹፰)፡፳፰-፴፯	26 ደጊሞም ውን ብዛዕባ ትንሣኤ ሙታን ኣብ ዝዛረብ ዓንቀጽ ኣብ ዲድስቅልያ፡ ናይ ክርስቶስ ደቀ መዛሙርት ዝኾንና ንሕና ምእመናን ብወንጌል ከምዚ ኢልና ንአምን በሉ፡-'ንሱ እሙን እዩ፡ ኣብ ዝተዛረቦ ውን ሓሶት የለን።' መዝ 89(88)፡28-37

አመ ዘሐዋርያት ም. ፮ ፡ ሄሬኔዎስ ፮	አመ ዘሐዋርያት ም. 6 ፡ ሄሬኔዎስ 7
፳፯ ይቤ ዳዊት ነቢይ ምእመን እግዚአብሔር በኵሉ ቃሉ ወጻድቅ በኵሉ ምግባሩ ። መዝ ፻፵፭(፻፵፬)፡ ፲፬	27 ነቢይ ዳዊት፡ እግዚአብሔር ኣብ ኹሉ ቃሉ እሙን እዩ፡ ብኹሉ ሥራሑ ውን ሓቂ እዩ፡ በለ። መዝ 135(134)፡14 ።
፳፰ ዘገብረ ሎቱ ሥጋ እምድንግል ንጽሕት እግዝእትነ ማርያም ወውእቱ ገባሬ ኵሉ ሰብእ ወዘተንሥአ ባሕቲቱ እምነ ሙታን ውእቱ ዘያነሥእ ኵሎ ሙታነ። ሮሜ ፩፡፫-፭።	28 ካብ ንጽሕትን ድንግልን እመቤትና ማርያም ሥጋ ፈጢሩ ዝተዋሓደ ንሱ እዩ። ንኹሉ ሰብ ዝፈጠረ ንሱ እዩ፡ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥአ ንሱ በይኑ ንኹሎም ምዉታን ዘተንሥእ እዩ። ሮሜ 1፡3-5 ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፯	**ምዕራፍ 7**
ክፍል ፩	**ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ሄሬኔዎስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ኤዶም ረድኦሙ ለሐዋርያት ወተላዊሆሙ።	1 እቲ ንሓዋርያት ወደ መዝሙሮምን ሰዓ ቢኦምን፡ ኣብ ኤዶም እትበሃል ሃገር ኤጲስቆጶስ ዝነበረ ሄሬኔዎስ ከምዚ በለ።
፪ ኦሪት ወነቢያት ወወንጌል ሰበኩ በክርስቶስ ከመ ውእቱ ተወልደ እምድንግል።ማቴ ፩፩፡፲፫።ኢሳ ፯፡፲፬።	2 ኦሪትን ነቢያትን ወንጌልን ብዛዕባ ክርስቶስ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ መሃሩ። ማቴ 11፡13። ኢሳ 7፡14።
፫ ወሐመ ዲበ ዕፀ መስቀል ሞተ ወተቀብረ ወርእይዎ ተንሢኦ እምነ ሙታን ወዐርገ ውስተ ሰማያት ወተሰብሐ እምኀበ አብ ወነግሠ ለዓለመ ዓለም ።ዘፀአ ፲፩፡፲፰። መዝ ፺፭(፺፬)፡፲። ኢሳ ፶፫፡፩-፲፪። ማቴ ፲፯፡፩	3 ኣብ መስቀል መከራ ከምዝተቐበለ፡ ከምዝሞተን ከምዝተቐብረን ካብ ምዉታን ተንሢኡውን ከምዝረኣይዎ፡ ናብ ሰማይ ከምዝዓረገን ብምስክርነት እግዚኣብሔር ኣብ ከምዝተገልጸን ንዘለዓለም ከኣ ከም ዝነገሠን። ዘፀአ 15፡18። መዝ 45(44)፡7። ኢሳ 53፡1-12። ማቴ 17፡5።
፬ ዘውእቱ ሕሊናሁ ለአብ ፍጹም ቃለ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምኔሁ እምቅድመ ኮከበ ጽባሕ። መዝ ፻፲(፻፱)፡፫።	4 ኮኾብ ጽባሕ ከይተፈጥረ ካብኡ ዝተወልደ ናይ ኣብ ሕሊናኡ ፍጹም እግዚኣብሔር ቃል ንሱ እዩ። መዝ 110(109)፡3 ።
፭ ገባሬ ኵሉ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ፈጣሪሁ ለሰብእ ዘህልው በኵሉ ግብር።	5 ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ንኹሉ ዝፈጠረ፡ ንሰብ ዝፈጠረ ኣብ ኹሉ ሥራሕ ዘለሎ እዩ።
፮ ሊቀ አበው በውስተ ሊቃነ አበው ሐጋጌ ሕግ በውስተ ሕግ። መዝ ፹፯(፹፮)፡ ፩-፯ ።	6 ምስቶም ዓበይቲ ሊቃነ ኣቦታት ሓለቓ ኣቦታት ንሱ እዩ። ሕጊ (ኦሪት) ኣብ ዝተሠርዓሉ ጊዜ ውን ሠራዒ ሕጊ ንሱ እዩ። መዝ 78(77)፡1-8 ።

ዘሄራኔዎስ ም. ፯	ዘሄራኔዎስ ም. 7
፯ ሊቀ ካህናት በውስተ ካህናት ወእግዚእ በውስተ ነገሥት ወነቢይ በነቢያት ወንጉሥ በመላእክት። ራእ ዮሐ ፩፡ ፭ናን። ፭፡፱-፲።	7 ካህናት ዝሽይም ሊቀ ካህናት ንሱ እዩ። ንነገሥታት ዝገዝእ ውን ንሱ እዩ፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ዝዛረብ ንሱ እዩ፡ ንጉሥ መላእኽቲ ውን ንሱ እዩ። ራእ ዮሓ 1፡ 5-6። 5፡9-10።
፰ ወብእሲ በውስተ ሰብእ ዘተወልደ እምአብ አምላክ ዘእምአምላክ ንጉሥ ዘለዓለም። መዝ ፪፡፯። ፹፯(፹፰)፡፭። ዕብ ፩፡፪። ፩ ጢሞ ፩፡፲፯።	8 ኣብ ባህርይ ሰብ ውን ሰብ ዝኾነ ንሱ እዩ፡ ካብ እብ ዝተወልደ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ናይ ዘለዓለም ንጉሥ ንሱ እዩ።መዝ 2 ፡7። 87(86)፡5። ዕብ 1፡2። 1ይ ጢሞ 1፡17።
፱ ዝውእቱ ዘዓቀቦ ለኖኅ ወመርሖ ለአብርሃም ወተዐሥረ ምስለ ይስሐቅ ወተአንገደ ምስለ ያዕቆብ ወተሠይጠ ምስለ ዮሴፍ። ዘፍጥ ፰፡፲፰። ፪ጴጥ ፪፡፭። ዘፍ ፲፪፡፩-፯። ፳፪፡፩-፲፩። ፳፯፡፩-፳። ፴፯፡፳፮-፳፰	9 ንኖኅ ዝሓለዎ፡ ንኣብርሃም ዝመርሖ፡ ምስ ይስሓቅ ዝተኣሥረ፡ ምስ ያዕቆብ ጋሻ ዝኾነ፡ ምስ ዮሴፍ ዝተሸጠ ንሱ እዩ። ዘፍጥ 8፡18። 2ይ ጴጥ 2፡5። ዘፍ 12፡1-7። 22፡1-15።28፡1-20።37፡26-28።
፲ ወመርኆሙ ለሕዝብ ምስለ ሙሴ ወሐገገ ሎሙ ሕገ ወወሀቦ ርስተ ለኢያሱ ወምስሌሁ አስተዋረሶሙ ለደቂቀ እሥራኤል። ዘፀአ ፫፡፲፬። መዝ ፷፯(፷፰)፡፳። ግብ ሐዋ ፯፡ ፴፬-፴፮። ኢያ ፫፡፲፬።	10 ኣብ ሙሴ ኃዲሩ ንሕዝቢ ዝመርሐን ሕጊ ዝሠርዓሎምን፡ ንኢያሱ ርስቲ ዝሃቦን ኣብኡ ኃዲሩ ውን ንደቂ እሥራኤል ርስቲ ዘውረሶም ንሱ እዩ። ዘፀኣ 3፡14። መዝ 77፡20። ግብ ሐዋ 7፡34-35። ኢያ 3፡14።
፲፩ ሐለየ በዳዊት ወሰበከ ለሕዝብ ባሕቲቱ በነቢያት ወተሠገወ እምቅድስት ድንግል።መዝ ፻፱(፻፲)፡፮። ኢሳ ፱፡፮-፯። ሉቃ ፩፡፴፮-፶፮።	11 ኣብ ዳዊት ኃዲሩ ትንቢት ዝተዛረበ፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ውን ንሕዝቢ ዝመሃረ ንሱ እዩ። ካብ ቅድስት ድንግል ውን ሰብ ዝኾነ ንሱ እዩ። መዝ 72(71)፡6። ኢሳ 9፡6-7። ሉቃ 1፡26-57።
፲፪ ወተወልደ በቤተ ልሔም ወተጠብለለ በአፅርቅት ወተወድየ ውስተ ጎል ነጸርዎ ኖሎት አእኰትዎ መላእክት ወሰገዱ ሎቱ ሰብአ ሰገል። ሉቃ ፪፡፩-፳። ማቴ ፪፡፩-፲፪።	12 ኣብ ቤተልሔም ተወልደ፡ ብኣጭርቕቲ ተጠቕሊሉ ኣብ ደምበ ተደርበየ፡ ጓሶት ርኣይዎ፡ መላእኽቲ ኣመስገንዎ፡ ሰብኣ ሰገል ሰገዱሉ ። ሉቃ 2፡1-20። ማቴ 2፡1-12።
፲፫ ወአግሀዶ ዮሐንስ ወአጥመቆ በውስተ ዮርዳኖስ ተመከረ በገዳም ወተዐውቀ ከመ እግዚአብሔር ውእቱ። ዮሐ ፩፡፳፱። ማቴ ፫፡፲፫-፲፮። ፬፡፩-፲፩	13 ዮሓንስ ኣግሃዶ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ውን ኣጥመቕ። ኣብ በረኻ ተፈተነ፡ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ውን ተፈልጠ። ዮሓ 1፡29። ማቴ 3፡1-16። 4፡1-11
፲፬ ወአስተጋብአ ጎቤሁ ሐዋርያተ ወሰበከ መንግሥተ ሰማያት ፈወሰ ድዉያነ ወሐንካሳነ አሮፀ ወእለ ለምፅ አንጽሐ ወአብርሀ አዕይንተ ዕውራን አንሥአ	14 ንሓዋርያት ናብኡ ኣከበ፡ ወንጌል መሃረ፡ ድዉያን ፈወሰ፡ ንሓንካሳት ከምዝኾኑ ገበረ፡ ንለምጻማት ኣንጽሐ፡ ዓይኒ ዕውራን ኣብርሀ፡ ንምዉታን ኣተንሥኣ።

ዘሄራኔዎስ ም. ፮	ዘሄራኔዎስ ም. 7
ሙታን።ማቴ ፬፡፲፪-፳፭።ዮሐ ፲፩፡፩-፵፭።	ማቴ 4፡12-25። ዮሓ 11፡1-45።
፲፭ ወአስተርአየ በውስተ ምኵራብ ወኢአምኑ ቦቱ ሕዝብ አግብኦ ይሁዳ ወተመጠውዎ ሊቃነ ካህናት ። ዮሐ ፯፡፴፯-፶፫። ፰፡፳-፶፱። ፲፡፳፫-፵፪። ማር ፲፬፡፵፫-፵፯።	15 ኣብ ምኵራብ ክምህር ተራእየ፡ እቶም ሕዝቢ ግና ኣይኣመንዎን። ይሁዳ ኣጎሊፉ ሃቦ፡ ሊቃነ ካህናት ከኣ ተቐበልዎ። ዮሐ 7፡37-53። 8፡20-59። 10፡23-42። ማር 14፡43-47።
፲፮ ተሰቅለ በሥጋ ወተቀነወ ዲበ ዕፀ መስቀል ሞተ ወተገንዘ ወተቀብረ ወተንሥአ እምነ ምውታን። መዝ ፷፱(፷፰)፡፲፮። ፎ፲(ፎ፯)፡፳፩። ፭ጴጥ ፪፡፳፬። ማቴ ፳፯፡፭። ዮሐ ፲፱፡፲፮-፵፪።	16 ብሥጋ ተሰቐለ፡ ኣብ መስቀል ከኣ ተሸንከረ፡ ሞተ፡ ተገንዘ፡ ተቐብረ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንሥኣ። መዝ 22(21)፡16። 78(77)፡65። 1ጴጥ 2፡24። ማቴ 2፡5።ዮሐ 19፡ 16-42።
፲፯ ዝውእቱ ትንሣኤሆሙ ለእለ ኖሙ ወመድኃኒቶሙ ለእለ ማሰኑ ብርሃኖሙ ለእለ ውስተ ጽልመት ወመያጢሆሙ ለዚዉዋን ወመርሐሙ ለጎጉላን ወምስካዮሙ ለምንዱባን። መዝ ፴፪(፴፩)፡፮። ፴፮(፴፭)፡፱። ፹፭(፹፬)፡፩። ፺፩(፺)፡፪። ዮሐ ፰፡፲፪። ፲፩፡፳፭። ሉቃ ፲፭፡ ፳፫-፴፪። ፩ቆሮ ፲፭፡ ፶፪-፶፬። ፩ጴጥ ፫፡፳።	17 ናይቶም ምዉታን ትንሣኤኦም፡ ናይቶም ፈሪሶም በስቢሶም ዝነበሩ መድኃኒኦም፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ ብርሃኖም፡ ነቶም ጭኑቓት መጸግዒኦም ንሱ እዩ። መዝ 32(31)፡6። 36(35)፡9። 85(84)፡1። 91(90)፡2። ዮሐ 8፡12። 11፡25። ሉቃ 15፡23-32። 1ይቆሮ 15፡42-44። 1ይ ጴጥ 3፡20።
፲፰ መርዓዊሃ ለቤተ ክርስቲያን ወኖላዊሆሙ ለእለ ድኅኑ አኃዜ ኪሩቤል ወመራሒሆሙ ለሐራ መላእክተ እግዚአብሔር አምላክ ዘእምአምላክ ወልድ ዘእምእግዚአብሔር አብ ኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥ ዘለዓለመ ለመ ዓለም አሜን። መዝ ፹(፷፱)፩። ፻፱(፻፫)፬። መኃ ፩፡፩። ኤፌ ፭፡፴፪። ፩ጢሞ፩፡፲፯። ራእ ዮሐ ፲፱፡፯-፱ ።	18 ንቤተ ክርስቲያን (ምእመን) ዝዋሓዳ፡ ንኣመንቲ ዝሕልዎም፡ ንኪሩቤል ዝፈጠረ፡ ነቶም ንእግዚኣብሔርነቱ ዘገልግሉ ሠራዊት መላእኽቲ ዝመርሖም፡ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተወልደ ወልድ ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ናይ ዘለዓለም ንጉሥ ገዛኢ እዩ። መዝ 80(79)፡1። 104(103)፡4። መኃ 1:1። ኤፌ 5፡32። 1ይ ጢሞ 1፡17። ራእ ዮሐ 19፡7-9።
<u>ክፍል ፪</u>	**<u>ክፍሊ 2</u>**
፲፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ሄራኔዎስ ረድኦሙ ለሐዋርያት ኤጲስቆጶስ ዘሀገረ ኤዶም በከመ ይነግሩነ መጻሕፍት ቅዱሳት ከመ ክርስቶስ ሰብእ ከማሁ ይነግሩነ እሙንቱ ከመ ውእቱ አምላክ ወበከመ ያየድዉነ ከመ ውእቱ ሥጋ ከማሁ ያየድዉነ ከመ ውእቱ መንፈስ ወውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ወእግዚአብሔር ውእቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፩፡፳፬። ፭፡፳-፳፫። ሉቃ ፳፬፡፴፱	19 ንሓዋርያት ወደ መዝሙሮም ኣብ ኤዶም እትበሃል ሃገር ኤጲስቆጶስ ዝነበረ እዚ ቅዱስ ሄራኔዎስ ደጊሙ ከምዚ በለ፡- ከምቲ እዞም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ዝነግሩና ኣምላኽ ከምዝኾነ ውን ንሳቶም ይነግሩና። ግዙፍ ከምዝኾነ ከምዝነግሩና ከምኡ ውን ረቂቕ ከምዝኾነ፡ ቃል እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ንሱ ርእሱ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ከምኡ ይነግሩና። ዮሐ 1፡1-14።4፡24። 5፡20-23። ሉቃ 24፡39።

ዘሄሬኔዎስ ም. ፮	ዘሄሬኔዎስ ም. 7
፳ ወበከመ ይዜንዉነ ከመ ውእቱ ተወልደ እምቅድስት ድንግል እግዝእትነ ማርያም በደኃሪ መዋዕል ከማሁ ዓዲ ይዜንዉነ ከመ ውእቱ እምኀበ እግዚአብሔር መጽአ ወውእቱ በኵረ ልደት ለኵሉ ፍጥረት ።መዝ ፻፲(፻፱)፡፫።ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፴፪።ገላ ፬፡፬። ቆላ ፩፡፲፭-፲፰	20 ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ከምዝተወልደ ከምዝነግሩና ቅድም ውን ካብ **እብ** ከምዝተወልደ ይነግሩና። ከምኡ ውን ካብ **እብ** ብዘይ ኣደ፡ ካብ ኣደ ውን ብዘይ ኣቦ ንምውላድ መጀመርታ ንሱ ከምዝኾነ ንኵሉ ፍጥረት ይነግሩና። መዝ 110(109)፡3። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡32። ገላ 4፡4። ቆላ 1፡15-18።
፳፩ ወበከመ ርኅበ ከማሁ ኣጽገበ ሕዝበ ብዙኃነ ወበከመ ጸምዐ ከማሁ ኣስተዮሙ ለሰብእ ከብካብ ረስዮ ማየ ወይነ ። ማቴ ፬፡፪። ፳፩፡፲፰። ማር ፰፡፩-፲፩። ሉቃ ፱፡፲፪-፲፯። ዮሐ ፪፡፩-፲፩። ፬፡ ፮-፲፩። ፲፱፡ ፳፰።	21 ከምዝጠመየ ከምኡ ውን ንብዙኃት ሰባት ኣጽገበ፡ ከምዝጸምአ ከምኡ ውን ኣብ ቤት መርዓ ንዝነበሩ ሰባት ነቲ ማይ ወይኒ ገይሩ ኣስተዮም። ማቴ 4፡2። 21፡18። ማር 8፡1-11። ሉቃ 9፡ 12-17። ዮሓ 2፡1-11። 4፡6-11። 19፡28።
፳፪ ወቀዳሚኒ ኣመ ወጽኡ እሥራኤል እምግብጽ ኣስተዮሙ ማየ እምኰኵሕ ዘውእቱ ክርስቶስ ወዓዲ ለሊሁ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወሀበነ ማየ መንፈሳዊ ለእለ ኣመነ ቦቱ ዘይፈለፍል ለሕይወት ዘለዓለም። ዘፀኣ ፲፯፡፮። መዝ ፸፰(፸፯)፡፲፭። ኢሳ ፶፭፡፩። ዮሐ ፬፡፲፬።፯ቆሮ ፲፡፩-፭።ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፯።	22 ቀደም ውን እሥራኤል ካብ ግብጺ ኣብ ዝወጽሉ ጊዜ ማይ ካብ ከውሒ ኣፈልፈሉ ኣስተዮም። ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ። ዳግም ድማ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ብእኡ እንኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ዝፍልፍል መንፈሳዊ ማይ ሃበና። ዘፀኣ 17፡6። መዝ 78(77)፡15። ኢሳ 55፡1። ዮሓ 4፡14። 1ይ ቆሮ 10፡1-5። ራእ ዮሓ 22፡17።
፳፫ ወበከመ ደክመ ከማሁ ነኣምር ከመ ውእቱ ኣዕረፈ ሥሩሐነ ወክቡዳነ ያር ማቴ ፲፩፡፳፰። ዮሐ ፬፡፮።	23 ከምዝደኸመ ከምኡ ውን ነቶም ዝደኸሙን ያር ኃጢኣት ዝኸበዶምን ከምዘዕረፎም ንፈልጥ ኢና።ማቴ 11፡28። ዮሓ 4፡6።
፳፬ ወበከመ ውእቱ ወልደ ዳዊት ከማሁ ውእቱ እግዚኡ ለዳዊት ወበከመ ውእቱ እምዘርኣ ኣብርሃም ከማሁ እምቅድመ ኣብርሃም ሀሎ ። ማቴ ፳፪፡፵፩-፵፭። ዮሐ ፰፡፶፰። ገላ ፫፡፲፮። ዕብ ፪፡፲፮	24 ንሱ ወዲ ዳዊት ከምዝኾነ ከምኡ ውን ፈጣሪ ዳዊት እዩ። ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ከምዝተረኽበ ከምኡ ውን ቅድሚ ኣብርሃም ነበረ። ማቴ 22፡41-45። ዮሓ 8፡58። ገላ 3፡16። ዕብ 2፡16
፳፭ ወበከመ ወረቁ ውስተ ገጹ ወጸፍዕዎ ከማሁ ውእቱኒ ነፍሐ በገጸ ኣርዳኢሁ መንፈሰ ቅዱሰ ወበከመ ተከዘ ወሀበ ለሕዝቡ ፍሥሐ ወሐሜተ። ኢሳ ፶፡፮። ፷፩፡፲።መዝ ፶፩(፶)፡፲፪። ማቴ ፳፯፡፴። ማር ፲፬፡፴፬። ዮሐ ፲፰፡፳፪። ፳፡፳፪።	25 ኣብ ገጹ ጡፍ ከምዝበልሉን ከምዝጸፍዕ ዎን ከምኡ ውን ንሱ ኡፍ ኢሉ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ደቀ መዛሙርቱ ኣኅደረ፡ ከምዝኃዘነ ድማ ንሕዝቡ ፍጹም ሓጐስ ሃበ። ኢሳ 50፡6። 61፡10። መዝ 51(50)፡12። ማቴ 27፡30። ማር 14፡34። ዮሓ 18፡22። 20፡22።

ዘዜሬኔዎስ ም. ፯	ዘዜሬኔዎስ ም. 7
፳፯ ወበከመ ተእኅዘ ወተገሠ ከማሁ ይትዐወቅ ከመ ወጽአ እማዕከሌሙ ለእለ ይፈቅዱ ይውግርዎ ወኢክህሉ የአኃዝዎ ወቦአ እንዘ ዕፅው ኃዋኅው ወኢክህሉ ይክልእዎ። ሉቃ ፪፡፯። ፩ ዮሐ ፩፡፩-፫። ዮሐ ፰፡፶፱። ፲፡፴፩-፴፫። ፳፡፲፱-፳፮።	26 ከምዝተታኅዘን ከምዝተዳኅሠሠን ከምኡ ውን ብመንጎ ክቐትልዎ ዝደለዩ ሰባት ኃሊፉ ከምዝኸደ፡ ክኅዝዎ ኸኣ ከምዘይከኣሉ ዝፍለጥ እዩ። ብዕጽው ቤት ኣተወ ክኽልክልዎ ውን ኣይከኣሉን። ሉቃ 2፡7። 1ይ ዮሐ 1፡1-3። ዮሓ 8፡59። 10፡31-33። 20፡19ን26።
፳፯ ወበከመ ኖመ ከማሁ ዓዲ ተንሥአ ወገሠያሙ ወአዘዞሙ ለባሕር ወለነፋሳት ወመናፍስት ተአዘዙ ሎቱ። ማር ፬፡፴፯-፵፩።	27 ከምዝደቀሰ ከምኡ ውን ተንሢኡ ነቶም ባሕርን ንፋስን ገሢፁን ኣዚዙን ኣኅድኦም። እቶም ንፋሳት ውን ተኣዘዝዎ። ማር 4፡36-41።
፳፰ ወበከመ ሞተ ከማሁ ተንሥአ ወአንሥአ ሙታነ ወበከመ ተንሥአ ከማሁ ሕያው ውእቱ ወመድኃኒነ ። ዘፍ ፵፱፡፱-፲። ማቴ ፲፪፡፵። ማር ፲፪፡፰። ፩ቆሮ ፲፭፡፫-፳፪። ዮሐ ፭፡ ፳፮-፳፱።፭፡፶፯። ራእ ዮሐ ፩፡፲፯-፲፰።	28 ከም ዝሞተ ከምኡ ውን ተንሥአ፡ ምዉታን ከኣ ኣተንሥአ። ከምዝተንሥአ ከምኡ ኸኣ ሕያው እዩ፡ መድኃኒ ውን እዩ ። ዘፍ 49፡9-10። ማቴ 12፡40። ማር 12፡8። 1ይ ቆሮ 15፡3-22። ዮሓ 5፡26-29። 7፡57። ራእ ዮሓ 1፡17-18።
፳፱ ወበከመ ዘንጐጕዎ ዲበ ምድር ወጸረፉ ላዕሌሁ ከማሁ ያከብርዎ ወያሌዕልዎ ኮሎሙ እለ ውስተ ሰማያት። መዝ ፷፱(፷፰)፡፯-፲፪። ማቴ ፳፯፡፴-፴፭። ሉቃ ፪፡ ፲፫-፲፬።	29 ከምቲ ኣብዚ ዓለም ዝተሣለቐሉን ዝጸረፍዎን ከምኡ ውን ኮሎም ኣብ ሰማይ ዘለዉ የኽብርዎን የመስግንዎን። መዝ 69(68)፡7-12። ማቴ 27፡40-45። ሉቃ 2፡13-14
፴ ተሰቅለ በሕማመ ሥጋ ወሐይወ በኃይለ እግዚአብሔር ዘውእቱ መለኮቱ ወወረደ ውስተ መትሕተ ዕመቀ ምድር ወሜወወ ነፍሳተ ሰብእ። ዘጎ ፳፭፡፯-፱። ዮሐ ፫፡፲፬። ፪ቆሮ ፲፫፡፬። ፩ጴጥ ፫፡፲፱-፳።	30 በቲ ንሥጋ ዝሰማማዕ ሕማም ተሰቐለ፡ ብኃይሊ እግዚኣብሔርነቱ ኸኣ ተንሥአ እዚ ድማ መለኮቱ እዩ። ናብ ሲኦል ወሪዱ ነፍሳት ሰብ ማረኸ። ዘጎ 21፡ 8-9። ዮሓ 3፡14። 2ይ ቆሮ 13፡4። 1ይ ጴጥ 3፡19-20
፴፩ ወካዕበ ዐርገ ሉዓሌ ሰማያት ተርእየ ፅውረ ለተወድዮ ውስተ መቃብር እንዘ ውእቱ ይመልእ ኵሎ ሞተ በሥጋ ወውእቱ ሕያው ለዓለም። መዝ ፷፰(፷፯)፡፲፰ወ፴፪-፴፫። ማር ፲፮፡፲፱። ዮሐ ፲፱፡፴፱-፵፪።	31 ብድኅሪኡ ድማ ናብ ሰማየ ሰማያት ዓረገ፡ ንሱ ኣብ ኮሉ ምሉእ እንከሎ ናብ መቓብር ንክኣቱ ተሸኪሞምዎ ተራእየ። ብሥጋ ሞተ፡ ንሱ ድማ ንዘለዓለም ሕያው እዩ። መዝ 68(67)፡18-33። ማር 16፡19። ዮሓ 19፡38-42።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘአጢፎስ ም. ፰ ፡ ዘአርክዎስ ም. ፱	ዘአጢፎስ ም. 8 ፡ ዘአርክዎስ ም. 9
ምዕራፍ ፰	**ምዕራፍ 8**
ክፍል ፩	**ክፍሊ 1**
፩ ይቤ አጢፎስ ረድኦሙ ለሐዋርያት ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገረ ቍስጥንጥንያ አመ ሀለወት ትሰመይ በራንጥያ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት ዮም ተወክፈ ክርስቶስ እግዚእ ልደተ ሰብእ እንዘ ውእቱ ብሉየ መዋዕል። ሉቃ ፪፡፲፩። ዕብ ፪፡፲፬።	1 ንሓዋርያት ወደ መዝሙሮም፡ በራንጥያ ኣብ እትበሃለሉ ዝነበረ ጊዜ ኣብ ቍስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ዝተሾመ ኣጢፎስ፡- ነገረ ልደት ኣብ ዝነግር ድርሳኑ፡ 'ናይ ባህርይ ጐይታ ክርስቶስ ቅድሚ ዕለትን ሰዓትን ዝነበረ ቀዳማዊ ክሽውን ከሎ፡ ብናይ ልደት ሰባት ሎሚ ተወልደ' በለ። ሉቃ 2፡11። ዕብ 2፡14።
፪ ዘተወልደ እምአብ ቃለ እግዚአብሔር ዘዕሩይ ምስለ አቡሁ ወመንፈሱ ቅዱስ ተትሕተ እንዘ ኢይቴሐት በመለኮቱ ተትሕተ በፈቃዱ ወለብሰ አርአያ ገብር። መዝ ፺(፹፱)፡፪። ፺፫(፺፪)፡፪። ሚክ ፭፡፪።ዕብ ፲፫፡፰። ፊልጵ ፪፡፭-፰።	2 ካብ **አብ** ዝተወልደ ምስ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ኮነ። ብመለኮቱ ምውራድ ዘይብሉ ብፍቓዱ ተዋሪዱ ናይ ግዙእ ባህርይ ተዋሓደ። መዝ 90(89)፡2። 93(92)፡2። ሚክ 5፡2። ዕብ 13፡8። ፊልጵ 2፡5-8።
፫ ዘአልቦቱ ሥጋ ለብሰ ሥጋ በእንቲአከ ኦ ብእሲ ቃል ዘተሰብአ ዘኢይት ገሠሠ በመለኮቱ ተገሠ በእንቲአከ ኦ ብእሲ ዘአልቦቱ ጥንት በመለኮቱ ለብሰ ሥጋ ፍጹመ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ሉቃ ፳፬፡፴፱። ፩ዮሐ ፩፡፩-፫።	3 ኦ ሰብ! እቲ ሥጋ ዘይነበሮ ንሱ ምእንታኻ ክብል ሥጋ ተዋሓደ፡ እቲ ብመለኮቱ ዘይድኅሠሥ ዝነበረ ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ ቃል ስሌኻ ክብል ተዳኅሠሠ፡ ብመለኮቱ ጥንቲ ዘይብሉ ንሱ ነቲ ጥንቲ ዘለዎ ሥጋ ፍጹም ተዋሓደ። ዮሓ 1፡1-14። ሉቃ 24፡39። 1ይ ዮሓ 1፡1-3።
፬ ወዘኢያስተርኢ ለብሰ ሥጋ ዘያስተርኢ ወዘኢይትዌለጥ ተገሠ በሥጋ ዘይትዌለጥ ወረሰዮ ዘኢይትዌለጥ። ፩ጢሞ ፫፡፲፮። ሮሜ ፩፡፫።	4 እቲ ዘይርአ ዝነበረ ዝርአ ሥጋ ተዋሓደ። እቲ ዘይልወጥ ብዝልወጥ ሥጋ ተዳህሰሰ፡ ዘይልወጥ ድማ ገበሮ። 1ይ ጢሞ 3፡16። ሮሜ 1፡3።
፭ ኀደረ ውስተ ቤቱ ለሌዊ ዘይጠበልሎ ለሰማይ በደመና በአጽርቅት ተጠብለለ ወተወድየ ንጉሠ ነገሥት ውስተ ኅል። ሉቃ ፩፡፶፩-፶፭። ፪፡፮-፯። ፪ቆሮ ፰፡፱	5 ሃብታም ክንሱ ኣብ ማኅፀን እታ ካብ ወገን ሌዊ ዝተወልደት ድንግል ኃደረ፡ ንሰማይ ብደመና ዝሸፍኖ ንሱ ብኣጭርቐቲ ተጠቕለለ፡ ንጉሠ ነገሥት ኣብ ደምበ ተደርበየ። ሉቃ 1፡54-55። 2፡6-7። 2ይ ቆሮ 8፡9 ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፱ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 9 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ አርክዎስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ስፍጥ ወዛቲ ሀገር ሀለወት በምዕራብ ወውእቱ ረድኦሙ ለሐዋርያት።	1 ንሓዋርያት ወደ መዝሙሮም ዝኾነ ናይ ስፍጥ እትበሃል ብምዕራብ ዘላ ሃገር ኤጲስቆጶስ ኣርክዎስ ከምዚ በለ፡-
፪ ይቤ በውስተ መልእክቱ ዘፈነዎ ለእለእስክንድሮስ ይደሉ ይኩን በዓለ	2 ንእለእስክንድሮስ ጽሒፉ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፡ በዓለ ትንሣኤ ብዕለተ እሑድ

ዘአርክዎስ ም. ፱	ዘአርክዎስ ም. 9
ትንሣኤ በዕለተ እሑድ እስመ በይእቲ ዕለት እሙነ ተፈጸመ ፍሥሓሃ ለቤተ ክርስቲያን ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወለኵሉ ዘአጽንዐ ስሞ ውስተ ሕይወት ዘለዓለም ወአጽንዐ በኵሉ ምሥጢረ ትንሣኤ ወተስፋ መንግሥተ ሰማያት ዘኢየኃልፍ። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፬-፳፫። ዮሐ ፳፡፩-፳፫።	ይኹን በለ። ምክንያቱ ብሓቂ በዛ ዕለት እዚኣ ሓጐስ ናይታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ምእመን (ቤተ ክርስቲያን) ከምኡ ውን ናይ ኵሉ እቲ በዛ ዘይትልወጥ ሃይማኖት ስሙ ዘጽንዐን ምሥጢረ ትንሣኤ እታ ዘይትኃልፍ ተስፋ መንግሥተ ሰማያት ዝኣመነን ተፈጺሙ እዩ ። መዝ 118(117)፡24-23። ዮሐ 20፡1-23።
፫ ዝንቱ ውእቱ ጊዜ ዘሞዐ ቦቱ እግዚእ ሞተ ጸላኤ እንለ እመ ሕያው ሶበ አንሥአ ሥጋሁ እምነ ምውታን ። ዮሐ ፲፡፲፭-፲፰። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፪-፶፭።	3 ንሥጋኡ ካብ ሞት ኣብ ዘተንሥኣሉ ጊዜ፡ ጐይታ ነቲ ጸላኢ ሰብ ሞት ዝሰዓረሉ ጊዜ እዚ እዩ። ዮሓ 10፡17-18። 1ይ ቆሮ 15፡42-58
፬ ወኢይመውት እንከሰ እስመ ረሰዮ ዘኢይትዌለጥ ወኢይማስን ተዋሐዶ ምስለ መለኮቱ ። ሮሜ ፮፡፮-፯።	4 እምበኣር ኣይመውትን እዩ፡ ምክንያቱ ምስ መለኮቱ ምስ ተዋሓደ ዘይኃልፍን ዘይልወጥን ገይርዎ እዩ። ሮሜ 7፡6-10።
፭ ወአቅረበ ኀበ አቡሁ እንዘ ምሉእ ስብሐተ ወተርህዋ ለሥቱ ሰማያት ወነበረ ዲበ መንበረ ስብሐቲሁ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ዘኢዐረቀ እምነ መንበሩ በመለኮቱ። መዝ ፶፬(፶፫)፡፮-፯። ፻፲(፻፱)፡፩። ማር ፲፮፡፲፱። ዕብ ፩፡፫-፲፬።	5 ክብርን ጐይትነትን ናይ ባህሪኡ ገይሩ ናብ ኣቦኡ ኣቕረቦ። ሰማያት ንእኡ ተኸፍቱ፡ ብመለኮቱ ካብ ዝፋኑ ዘይተፈልየ ንሱ ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ኣብ ዝፋን ጐይትነቱ ተቐመጠ። መዝ 24(23)፡7-10። 110(109)፡1። ማር 16፡19። ዕብ 1፡3-14።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፲ ክፍል ፩ | ምዕራፍ 10 ክፍሊ 1

፩ ይቤ ዲዮናስዮስ ዘአርዮስፋጎስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ አትናስ ተላዊሆሙ ለሐዋርያት ውስተ መልእክቱ ኀበ ጢሞቴዎስ ረድኡ ለጳውሎስ እንዘ ይብል ነህብ ክብረ ወስብሐተ ዘኢይትነገር በኀድአት።

1 ኣብ ኣርዮስፋጎስ ዝምህር ዝነበረ፡ ሰዓቢ ሓዋርያት ዝኾነ ናይ ሃገረ ኣቴና ኤጲስቆጶስ ዲዮናስዮስ ናብ ጢሞቴዎስ ወደ መዝሙሩ ንጳውሎስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥'ዘይምርመር ክብርን ምስጋናን ብህድኣት ነቐርብ' ክብል ተዛረበ።

፪ ወንስአል አንቃዕዲወነ ላዕለ ወሶቤሃ ይሠርቅ ለነ ብርሃን እምነ መጻሕፍተ መለኮት ወእምኔሆሙ ንበርህ በአስማተ ቅድስት ሥላሴ ዘውእቱ እምነትነ። ማቴ ፮፡፱-፲። ፳፫-፲፱። ዮሐ ፭፡፴፱። ኤፌ ፭፡፰-፲፬። ፪ጢሞ ፫፡፲፭-፲፯።

2 ናብ ላዕሊ ኣንቃዕሪርና ንለምን፡ ሽዑ ነገረ መለኮት ካብ ዝነግሩ መጻሕፍቲ ፍልጠት ክግለጸልና እዩ፡ ካብኣም ውን ኣስማት ቅድስት ሥላሴ ብምጽዋዕ ፈላጣት ኾነውን፡ እዚ ድማ እምነትና እዩ። ማቴ 6፡9-10።23-19። ዮሐ 5፡39። ኤፌ 5፡8-14። 2ይ ጢሞ 3፡15-17

፫ ወንሰብሐሙ ለሥሉስ ቅዱስ ዘእምኔሆሙ ኮሉ ኂሩት ለኮሎሙ ብርሃናውያን አምሳለ እሙንቱ ሦጥዎ ላዕሌነ እምነ መጻሕፍተ መለኮት እስመ እሙነ አምጻእያነ ኮሉ ፍጥረት ዘላዕሉ ወታሕቱ እምነ ወኢምንት ዘአልቦ ገጽ። ዘፍ ፪፡፩። መዝ ፴፫(፴፪)፡፭-፮። ዕብ ፲፩፡፩-፫።

3 ቦቲ ከም መላእኽቲ ካብ መጻሕፍቲ ፍልጠት ኣባና ከምዘጎድርዎ መጠን፡ ንኮሎም መላእኽቲ ፍልጠት ካብኣም ዝርከበሎም ንሥላሴ ነመስግኖም። ምኽንያቱ ኣብ ሰማይን ምድርን ንዘሎ ኮሉ ፍጥረት ኣካል ካብ ዘይብሉ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዘምጽኡ እዮም። ዘፍ 2፡1።መዝ 33(32)፡5-6።ዕብ 11፡1-3።

፬ ጐይተቶምን ብሕይወት ዘንብርዎምን እዮም እሞ፡ ይኃርዩ ከምኡ ውን ነቶም ናብኣም ዝቐርቡ ይቕበልዎም። ከመይሲ ኀኹሉ ይቕረ በሃልቲ እዮም። መዝ 103(102)፡8-15። ሮሜ 2፡4-6።

4 ጐይተቶምን ብሕይወት ዘንብርዎምን እዮም እሞ፡ ይኃርዩ ከምኡ ውን ነቶም ናብኣም ዝቐርቡ ይቕበልዎም። ከመይሲ ኀኹሉ ይቕረ በሃልቲ እዮም። መዝ 103(102)፡8-15። ሮሜ 2፡4-6።

፭ ወዘሂ በልየ ይሔድሱ ሶበ ይትአተት እምአርአያ ንጹሕ ጽንያሙ ለድኩማን እሙንቱ ውነይሎሙ ለጽኑዓን ወመራኁያን ለእለ ይትሌዐሉ ኀቤሆሙ። መዝ ፶፭(፶፬)፡፬-፲፭። ሮሜ ፪፡፬-፮።

5 ካብ መልክዕ ንጽሕና ምስ ተፈልየ ውን ነቲ ብልየተ ኃጢኣት ዝረኸቦ የሐድስዎ፡ ንድኹማት ጽንዓት ንጽኑዓት ኃይሊ እዮም፡ ነቶም ናብኣም ዝቐርቡ ዝመርሑ እዮም።መዝ 25(24)፡4ን8-12

፮ እሙንቱ ብርሃናት ዘያበርሁ ወፈጻምያን በዘይከውን ፍጹመ ተዋሕዶቱ ለባሕታዊ ወሥያምያነ ኮሉ መላእክት ኄራን ወሀብያነ ጸጋ ኀቡዕ ለእለ ይደልዎሙ። መዝ ፺፯(፺፮)፡፩ ። ዮሐ ፩፡፱። ፩ ዮሐ ፩፡፭።

6 ፍልጠት ዝገልጹ ብርሃናት እዮም። ናይ ምእመን ምስ እግዚኣብሔር ምውሕሓዱ ፍጹም ዝገብርዎ ንሳቶም እዮም። ነቶም ኮሎም ለውሃት መላእኽቲ ዝኾሙ እዮም። ነቶም ዝግባኦም ረቂቕ ጸጋ ዝህቡ እዮም። መዝ 27(26)፡1። ዮሓ 1፡9። 1ይ ዮሓ 1፡5።

፯ ወኢንከልእ ቃለነ እምብሂለ ሕይወተ ሕያዋን እሙንቱ ወገባርያነ ኮሉ ህልዋን አኃዝያነ ኮሉ ፍጥረት።

7 'ናይ ሕያዋን ሕይወት እዮም' ካብ ምባል ንልሳንና ኣይንገትእን፡ ንኮሉ ዝፈጠሩ ቅድሚ ዓለም ዝነበሩ፡ ንኮሎም ፍጡራን ፈጢሮም ዝገዝኡ እዮም።

ዘዲዮናስዮስ ም. ፲	ዘዲዮናስዮስ ም. 10
፰ ወሕይወቶሙ ወጥንቶሙ ወአምጻእያኒሆሙ እምኀበ ኢሀልዎ ኀበ ሀልዎ ወሠራዕያኒሆሙ በበሥርዓ ቶሙ ወገባርያነ ኵሉ ሠናያት። ዘፍ ፩፡፴፩። ፪፡፯። ቈላ ፩፡፲፪-፲፱።	8 ሕይወቶምን ኣርካቢኦምን፡ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዘምጽእዎምን በብወገኖም ወሲኖም ዘንብርዎምን ንኵሎም ፍጡራን ዝፈጠሩ እዮም። ዘፍ 1፡31። 2፡7። ቈላ 1፡12-19
፱ ዘንተ ተምህርናሁ እመጻሕፍተ መለኮት ወዓዲ ረከብናሆሙ ለምእመናን ሰባሕያን በንባበ መለኮት ይሰመዩ አማልክት በከመ ይቤ መጽሐፍ አማልክት አንትሙ ወደቂቀ ልዑል ኵልክሙ ዘከመ ግብሩ ለመለኮተ ሥላሴ። መዝ ፹፪(፹፩)፡፮-፯ ። ፹፱(፹፰)፡፮። ዮሐ ፲፡፴፬-፴፭።	9 ነዚ ነገረ መለኮት እዚ ካብቶም ዝዛረቡ መጻሕፍቲ ኢና ተማሂርና። ካልእ ከኣ ከምቲ ብኣዘራርባ መለኮት ንሱ ኣምላኽ ዝበሃል፡ እዞም ኣመስገንቲ ምእመናን 'ኣማልኽቲ' ክበሃሉ ረኸብናዮም። 'ንሸኻትኩም ኵልኹም ኣማልኽቲ ደቂ ልዑልቲ ኢኹም' ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ 'ኣምላኽ' ምባል ንባህርይ ሥላሴ ከም ዝግባእ። መዝ 82 (81)፡1-6። 89(88)፡6። ዮሓ 10፡34-35
፲ ወበእንተ ዝንቱ ኵሎሙ ነባብያነ መለኮት ይሴብሑ እሎንተ ሠለስተ ወይትከሀኑ ሎሙ ለባሕቲቶሙ እንዘ ይዜንዉ ተዋሕዶቶሙ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትከፈል ልዑል ላዕለ ኵሉ ህልዋን እስመ ፩ዱ ኃይል እሙንቱ።	10 ስለዚ ድማ እዞም ኵሎም ነባብያነ መለኮት ነዞም ሠለስተ ኣካላት የመስግኑ። ነቲ ዘይምርምር ዘይፍለ ሓድነቶም እናተዛረቡ ንእኣም ጥራይ የገልግሉ። ሓደ ኃይሊ እዮም እሞ ካብ ኵሎም ፍጡራን ልዑል እዩ።
፲፩ ወበእንተ ዝንቱ ይከውኑ አሐደ ወእንዘ ይትሌለዩ ገጻተ ሥላሴ በበመልክያሙ ፍጹመ የኀብሩ በተዋሕዶተ መለኮት ሰብሕዎሙ እስመ ፫ቱ እሙንቱ በእንተ ግህደተ ፫ቱ አካላት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እንዘ ፩ዱ ። ዘፍ ፲፰፡፩-፲። ማቴ ፳፰፡፲፱። ዮሐ ፲፬፡፳-፲። ፪ቆሮ ፲፫ወ፲፬።	11 ባህሪኦም ሓደ ስለዝኾነ ሓደ ይበሃሉ፡ ገጻት ሥላሴ በብኣካሎም ፍሉይ ክኸውን ከሎ ብሓደ መለኮት ጸኒዖም ይነብሩ። ሓደ ከለዉ ሠለስተ ኣካላት **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** በቲ ምግላጾም ሠለስተ እዮም እሞ ኣመስግንዎም።ዘፍ 18፡1-10። ማቴ 28፡19። ዮሐ 14፡8-10። 2ይ ቆሮ 13-14።
፲፪ ብርሃን አብ ወቃሉኒ ወልድ ዘተወልደ እምአብ ብርሃን ዘእምብርሃን ከማሁ መንፈስ ቅዱስኒ ዘወጽአ እምአብ ብርሃን ዘእምብርሃን ልደተ ወልድ ወጽአተ መንፈስ ቅዱስ እምአብ ይትነከር ወኢይትነገር ወይትሌዐል ላዕ ለ ኵሉ ሕሊና ወኢይትረከብ ። መዝ ፻፵፱ (፻፵፰)፡፭። ማቴ ፲፩፡፳፯። ፩ ቆሮ ፪፡፲-፲፩። ፩ዮሐ ፩፡፭።	12 **አብ** ብርሃን እዩ፡ ካብ **አብ** ዝተወልደ ቃሉ ወልድ ውን ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን እዩ። ከምኡ ውን ካብ **አብ** ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን እዩ። ካብ **አብ** ናይ ወልድ ምውላድን ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሥራፅን ዕውብ ኢልካ ይውሰን እምበር ከምዚ ኢልካ ክንገር ኣይክኣልን እዩ። ልዕሊ ኵሉ ሕሊናት እዩ፡ ኣይምርመርን ውን እዩ። መዝ 139(138)፡6። ማቴ 11፡27። 1ይ ቆሮ 2፡10-16። 1ይ ዮሓ 1፡5 ።

ዘዲዮናስዮስ ም. ፲	ናይ ዲዮናስዮስ ም. 10
፲፫ ወኵሉ ዘይሰመይ ሊቀ በዲበ ምድር እምኔሆሙ ውእቱ እስመ ጥንተ ኵሉ ወገባርያነ ኵሉ እሙንቱ እስመ ኵሉ በጽሐ ለክዋኔ በጊሩቶሙ።	13 ኣብዚ ዓለምዚ ገዛኢ ሓለቓ ዝበሃል ኵሉ ካብኣም ዝተሾመ እዩ። ኵሉ ብለውሃቶም ንክፍጠር በቒዑ እዩ እሞ ኻኵሉ ዝፈጠሩ ንኵሉ መርከቢ እዮም።
፲፬ ሰብሕዎሙ እስመ ጠቢባን ወሠናያን እሙንቱ ወኵሉሙ ሰብእ ሶበ ይድኅኑ ወይከውኑ ፍጹማነ እንበለ ሙስና በህላዌሆሙ ይኔጽርዎሙ በአርአያ ካህናት ሠናያን ዘከመ አፍቅሮቶሙ ሰብአ።ኢሳ ፮፥፩-፬።ሕዝ ፩፥ ፳፯-፳፰።፲፥፩-፭። ራእ ዮሐ ፬፥፰-፲፩።	14 ናይ ባህርይ ፈላጣትን ናይ ባህርይ ሠናያንን እዮም እሞ ኣመስግንዎም። ኵሉም ሰባት ኣሚኖም ኃጢኣት ዘይብሎም ፍጹማን ምስ ዝኾኑ፣ ከምቲ ዓበይቲ ካህናት ዝረኣዩ ከም መጠን ኣብ ሰብ ዘለዎም ፍቕሪ ብባህሪኦም ይርእይዎም። ኢሳ 6፥1-4። ሕዝ 1፥27-28። 10፥1-5። ራእ ዮሐ 4፥8-11
፲፭ እስመ ዘበጽድቅ ተስፋኑ በአሐዱ አካል እምአካላቲሆሙ ውኀረዩ ሎሙ ለባሕቲቶሙ ማኅደረ በእንበለ እመ ሕያው በሥምረተ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ በጽሐ ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ይኩን ሰብአ ወኀደረ ውስተ ከርሣ ለቅድስት ድንግል ማርያም ወተወልደ እምኔሃ በመንክር ምሥጢር። መዝ ፵፮(፵፯)፥፬። ኢሳ ፯፥፲፬። ማቴ ፩፥፲፰-፳፭።	15 ካብ ኣካላቶም ሓደ ኣካል ብሓቂ ተዛሚድና ኣብ ሰብ ክኃድር ኃርዩ ብፍቕድ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ንምኻን በቐዐ። ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ኃደረ። ድንቂ ብዝኾነ ምሥጢር ካብኣ ተወልደ። መዝ 47(46)፥4። ኢሳ 7፥14። ማቴ 1፥18-25።
፲፮ ዘለዓለም ዘአልቦቱ ጥንተ ኮነ መትሕተ ዘመን ለቢሶ ህላዌ ዚኣነ በተዋሕዶ ዘልዑል ላዕለ ኵሉ መዐርግ ወላዕለ ኵሉ ህልዋን ወኮነ ውስተ ህላዌነ እሙነ ዘእንበለ ውላጤ ወኢቱስሕት ወሐፀ እምህላዌ መለኮት ለእለ ነአምን በሥላሴሁ።ሉቃ ፪፥፵፪። ዮሐ ፲፥፴። ፲፬፥፳፫።	16 ጥንቲ ዘይብሉ ንዘለዓለም ዝነብር ንሱ፣ ቡቲ ልዕሊ ኵሉ መዓርጋትን ኵሎም ፍጡራንን ዝኾነ ተዋሕዶ ናትና ባህርይ ወሲዱ ዘመን ተቐጽረሉ፣ ብዘይምልዋጥን ብዘይ ምትሕውዋስን ብሓቂ ሰብ ኮነ። ኣብ ባህርየ መለኮቱ ጉድለት የብሉን። ብሥለስትነቱ ንዝኣመና ንኣና ብኣምላ ኽኑቱ ዝሠርሖ ሥራሕ ከምንፈልጦ ገበረና።ሉቃ 2፥42። ዮሓ 10፥30።14፥23።
፲፯ ወዘንተ ትምህርተ ጎቡዓ ተምህርነ እምአምላካውያን ወኪያሁ ጸገዉነ ወዝንቱ ትምህርት ጎቡዕ ለርኩሳን ወክሡት ለንጹሐን ጻድቃን የአምርዎ ወኃጥኣን ይስዕንዎ።ዮሐ ፲፭፥፲፮። ፲፯፥ ፩-፱።፳፫፥፳፭። ፪ቆሮ፬፥፫-፮።ሆሴ ፲፬፥፱።	17 እዚ ረቂቕ ትምህርቲ እዚ ካብቶም ኣምላኽ ዝሾሞም መምህራን ተመሃርና። እዚ ንዘይኣምኑ ዝተሠወረ፣ ንምእመናን ግና ዝተገልጸ እዩ። ጻድቃን ይፈልጥዎ፣ ኃጥኣን ግና ኣይፈልጥዎን እዮም። ዮሐ 15፥16። 17፥1-9። 20፥21። 2ይ ቆሮ 4፥3-7። ሆሴ 14፥9።
፲፰ ንሕነሰ ተምህርነ ዘንተ ወተከሥተ ለነ በአምጣንነበመንጠዋልዐ ክህነት ዘከመ ንባበ ካህናት። ፩ቆሮ ፲፪፥፳-፴። ሮሜ ፲፥፳፱-፴። ዕብ ፲፥፳-፳፫።	18 ንሕናስ ነዚ ትምህርቲዚ ተማሃርናዮ፣ ብመዓርገ ክህነት ካህናት ተባሂልና ብምጽዋዕና፣ ከም መጠን ኣእምሮና ተገለጸልና። 1ይ ቆሮ 12፥20-30። ሮሜ 8፥29-30። ዕብ 10፥20-23።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘአግናጥዮስ ም. ፲፩	ናይ ኣግናጥዮስ ም. 11
ምዕራፍ ፲፩ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 11 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ አግናጥዮስ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወውእቱ ሣልስ እምድኅረ ጴጥሮስ ሊቆሙ ለሐዋርያት በውስተ መልእክቱ። ማቴ ፲፰፡፪-፭።	1 ድኅሪ ሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ፡ ሣልሳይ ከይኑ ዝተሾመ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ሰማዕት ኣግናጥዮስ ኣብ መልእኽቱ ከምዚ በለ። ማቴ 18፡2-5።
፪ እግዚአብሔር ገባሬ ኵሉ ፍጥረታት ውእቱ መዋዒ መዓርግ ወሚመተ ኵሉ ህላዌ በ፫ቱ አካል ፍጹመ መልክዕ ወገጽ ነቢሮ ዲበ መንበረ ስብሐቲሁ ዘይእኅዝ ኵሎ።መዝ ፻፫(፻፪)፡፲፱-፳፪። ኢሳ ፮፡፩-፬።	2 ንኹሎም ፍጥረታት ዝፈጠረ እግዚኣብሔር፡- ናይ ኵሉ ፍጥረት ሚመትን መዓርግን ክህብ ዝከኣሎ፡ ብመልክዕ ብገጽ ፍጹም ዝኾነ ብሠለስተ ኣካል ኣብ ዝፋን ጐይትነቱ ተቐሚጡ ንኵሉ ዝገዝእ እዩ። መዝ 103(102)፡19-22። ኢሳ 6፡1-4
፫ ወኀደረ ፭ዱ አካል እም፫ቱ አካላት ውስተ ከርሣ ለቅድስት ድንግል ማርያም ወበእንተ ተዋሕዶተ መለኮት ዘንትናገር በዝየ ዘህልው በወልድ ወአኮ በእንተ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢንቤ ግሙራ ከመ እሙንቱ ኀደሩ ለተሰብአ ውስተ ከርሣ ለድንግል ዘእንበለ ዳዕሙ ባሕቲቱ አሐዱ ዘእምሠለስቱ አካላት። ኢሳ ፯፡፲፬። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፬።	3 ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ኣብ ማኅፀን እመቤትና ንጽሕት ድንግል ማርያም ኃደረ። ኣብዚ ብዛዕባ ተዋሕዶ መለኮት ንዛረብ ውን ኣብ ወልድ ንዘሎ እዩ እምበር ብዛዕባ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ኣይኮነን። ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ወልድ ጥራይ ካብኣ ተወልደ ንብል እምበር **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ሰብ ንምኻን ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃዲሮም ፈጺምና ኣይንብልን ኢና። ኢሳ 7፡14። ሉቃ 1፡26-39
፬ ወውእቱ ስቁል ዲበ መስቀል ወይሠሪ ጌጋየ ውእቱ ውስተ መቃብር ወያነሥእ ምውታነ ውእቱ አፍኣ እምውስተ መቃብር ወየኀድግ ሰበነ ውስቴቱ ውእቱ ቦአ ኀበ አርዳኢሁ እንዘ ዕፅው ኀዋኅው ወወሀበሙ ሰላመ። ኢሳ ፶፫፡፭-፲፩። ዮሐ ፲፱፡፲፯-፴፪። ፳፡፮-፳፫። ፩ጴጥ ፪፡፳፬-፳፭።	4 ኣብ መስቀል ዝተሰቐለ ኃጢኣት ውን ይቕረ ዝብል ንሱ እዩ፡ ኣብ መቓብር ዝኃደረ ምዉታን ዘተንሥኣ ንሱ እዩ። ካብ መቓብር ወጻኢ እዩ፡ ኣብ መቓብር ውን መግነዙ ኃዲጉ ተንሥኣ። ንሱ ኣብቲ ሓዋርያት ዝነበርዎ ብዕፅው ማዕያ ኣትዩ ሰላም ሃቦም። ኢሳ 53፡1-11። ዮሐ 19፡17-32። 20፡6-23። 1ይ ጴጥ 2፡24-25።
፭ ነአምን ከመ አብ በወልድ ወበመንፈስ ቅዱስ ወወልድ በአብ ወበመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስ በአብ ወበወልድ። ዛቲ ሥላሴ ዕሪት እንበለ ፍልጠት ወዘእንበለ ውላጤ በ፫ቱ አካል ወ፭ዱ መለኮት። ዘፍ ፲፰፡፩-፲። ፭ሳሙ ፪-፪። መዝ ፺፯(፺፮)፡፯-፱። ፴፫(፴፪)፡፩-፮።ዮሐ ፩፡፩-፫። ፲፬፡፯-፲፩።	5 **ኣብ**፡ ኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከምዘሎ ከምኡ ውን ወልድ ኣብ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ኣብ **ኣብን** ወልድን ከምዘሎ ንኣምን። እዛ ሠለስትነት እዚኣ ብዘይ ፍልልይን ብዘይ ምልዋጥን ኣብ ሠለስተ ኣካላት ብሓደ መለኮት ማዕረ ዝኾነት እያ። ዘፍ 18፡1-10። 1ይ ሳሙ 2፡2። መዝ 27(26)፡8-9። 33(32)፡5-6። ዮሓ 1፡1-3። 14፡8-11።

ዘአግናጥዮስ ም. ፲፭

፮ አሐቲ ምልክና ወአሐቲ ሥምረት ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ መንግሥት አሐቲ ስግደት ወአሐቲ አኮቴት ወአሐዱ ስብሐት ይደሉ ለሥሉስ ቅዱስ አሐቲ ምክር ወአሐቲ ሥልጣን ወፍዱ ክብር ወአሐቲ ፅንዕ ወፍዱ ሀሉና ወፍዱ ፈቃድ ለሥሉስ ቅዱስ። ዘዳግ ፮፡፬። ኤፌ ፬፡፭።

፯ አብሂ ውእቱ አብ ኢኮነ ወልደ ወኢመንፈሰ ቅዱሰ ወልድሂ ውእቱ ወልድ ኢኮነ አበ ወኢመንፈሰ ቅዱሰ ወመንፈስ ቅዱስሂ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ኢኮነ አበ ወኢወልደ።

፰ ኢይፈልስ አብ ለከዊነ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢወልድ ለከዊነ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢመንፈስ ቅዱስ ለከዊነ አብ ወወልድ እሉ ፫ቱ አካላት ፍጹማን ዲበ መንበረ ስብሐት ወእጉሣን በጽምረት ፍዱ መለኮት። ዘፍ ፲፰፡፩-፲። ዘዳግ ፴፪፡፮። ምሳ ፴፡፬። ዳን ፫፡፳፭። ዮሐ ፩፡፴፯። ፰፡ ፲፮-፲፱። ግብ ሐዋ ፯፡፶፩-፶፮።

፱ ዘውእቱ ፍዱ ብርሃን ዘይሠርቅ እምኔሁ ሥላሴ ወይመልእ ኵሎ ፍጥረታተ ወያበርህ ለእለ መትሕተ ምድር በከመ ጽሑፍ እስመ አነ እመልእ ሰማየ ወምድረ ወእለ ሀለዉ ውስተ መትሕተ ሲኦል ርእዩ ስብሐትየ ። ኢሳ ፷፮፡ ፩-፫።ዕንባ ፫፡፫-፬።ግብ ሐዋ ፯፡፶፬-፶።

፲ ተነፈር አንተሂ ዘትቤ ከመ መለኮት ሐመ ወሞተ ሰሚዐከ ቃለነ ንሕነሰ ነአምን ከመ ክርስቶስ እግዚአብሔር ሐመ በሥጋ ከመ ሰብእ ወኢሐመ በመለኮቱ ጥዕመ ሞተ በሥጋ ወኢሞተ በመለኮቱ።

ዘአግናጥዮስ ም. 11

6 ሓንቲ ግዝኣት ሓንቲ ፍቓድ ሓንቲ ኃይሊ ሓንቲ መንግሥቲ ሓንቲ ስግደት ሓንቲ ምስጋና ሓንቲ ክብሪ ንሥላሴ ይግባእ። ሓንቲ ምኽሪ ሓንቲ ሥልጣን ሓደ ክብሪ ሓንቲ ጽንዓት ሓደ ናብራ ሓደ ፍቓድ ንሥሉስ ቅዱስ እዩ። ዘዳግ 6፡4። ኤፌ 4፡5።

7 **አብ አብ** እዩ እምበር ናብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣይልወጥን እዩ፡ ወልድ ውን ወልድ እዩ እምበር ናብ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ኣይልወጥን እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን መንፈስ ቅዱስ እዩ እምበር ናብ **አብን** ወልድን ኣይልወጥን እዩ።

8 **አብ** ናብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣይልወጥን እዩ፡ ወልድ ውን ናብ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ኣይልወጥን እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ናብ **አብን** ወልድን ኣይልወጥን እዩ። እዞም ሠለስተ ኣካላት ብንኦይትነት ብኽብሪ ፍጹማን እዮም። ብሓድነት መለኮት ከኣ ሓደ እዮም። ዘፍ 18፡1-10። ዘዳግ 32፡6። ምሳ 30፡4። ዳን 3፡25። ዮሓ 5፡37። 8፡16-19። ግብ ሓዋ 7፡55-56።

9 እዚ ድማ ሠለስተነት ካብኡ ዝርከብ ሓደ ብርሃን እዩ። ኣብ ኵሉ ዓለም ምሉእ እዩ። ኣብ ትሕቲ ምድሪ ንዘለዉ ውን የብርህ እዩ። ከምቲ 'ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እኮ እዩ፡ ኣብ ሲኦል ዘለዉ ውን ጐይትነተይ ርኣዩ' ተባሂሉ ዝተጻሕፈ እዩ። ኢሳ 66፡1-3። ዕንባ 3፡3-4። ግብ ሓዋ 7፡49-50።

10 'ብባህሪኡ መለኮት ሓመመን ሞተን' እትብል ንሸኻ ናትና ነገር ሰሚዕካ ጎፊር። ንሕና ግና ናይ ባህርይ ኣምላኽ ክርስቶስ ሰብ ብምኻኑ ብሥጋ ከምዝሓመመ ብመለኮት ግና ከምዘይሓመመ ንኣምን። ብሥጋ ሞተ ብመለኮት ግና ኣይሞተን።

ዘአግናጥዮስ ም. ፲፭	ዘአግናጥዮስ ም. 11
፲፭ ወለእመ ሰማዕከ ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ በእንቲአነ ወሞተ እግዚአብሔር ቃል በእንተ ቤዛ ለቡ እስመ ንሕነ ንፈስዮ ፭ደ ህላዌ ለመለኮት ምስለ ትስብእት ወንሰምዮ በዝንቱ ስም ፭ዱ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር። ኢሳ ፵፱፡፯-፶። ዕብ ፪፡፯። ፲፡፯። ፭ጴጥ ፫፡፲፰-፲፱። ዮሐ ፫፡፲፪-፳፭። ፭ቆሮ ፭፡፲፭-፳፭። ፪ቆሮ ፭፡፲፬።	11 እግዚአብሔር ቃል ምእንታና ከምዝሓመመ፡ እግዚአብሔር ንኣና በኃ ኮይኑ ከምዝሞተ እንተሰማዕካ፡ ንሕና ንመለኮት ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ጌርና ንእግዚአብሔርነቱ ብዝግባእ በዚ ብሓደ ስም 'ክርስቶስ' ኢልና ከም እንጽውያ ፍለጥ።ኢሳ 49፡7-8። ዕብ 2፡7። 10፡7። 1ይ ጴጥ 3፡18-19። ዮሐ 3፡12-21። 1ይ ቆሮ 1፡18-25። 2ይ ቆሮ 5፡14።
፲፪ በከመ አንተሂ ካዕበ እም፪ቱ ህላዌያት ዘውእቱ ነፍስ ወሥጋ ወትሰመይ በዝንቱ ስም ፭ ዘይደሉ ለሰብእ ወነፍስከሰ ኢትመውት በህላዌሃ እንዘ ኢኮነት ነፍስከ መለኮተ አላ ይእቲ ካልእት እምሥጋ ወክብረሂ ዘንፈቱ ነህብ ለነፍሳቲነ በእንተ ዘኢትመውት። ዘፍ ፪፡፯። መዝ ፻፬(፻፫)፡ ፸፱-፹፫። አመክ ፮፡፲፱።	12 ከምኡ ንሸኻ ውን ካብ ክልተ ባህርያት ካብ ነፍስን ሥጋን ተረኺብካ ሓደ ኮይንካ ንሰብ ብዝግባእ በዚ ስምዚ ሓደ ተባሂልካ ትጽዋዕ። ነፍሸኻ እኳ መለኮት ዘይኮነት ከላ ብባህሪኣ ኣይትመውትን እየ። ንነፍስና ውን ክብሪ ክንህባ እንፈቱ ዘይትመውት ስለዝኾነት እዩ። ዘፍ 2፡7። መዝ 104 (103)፡29-33። አመክ 6፡19።
፲፫ ወእፎኑ አንተ ዘኢትፈቅድ ተህቦ ለመለኮተ ሥላሴ ፭ዱ ዘውእቱ ህልው በወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢተአምርኑ ከመ ለእመ ትቤ ከመ መለኮት ሞተ አንተ ቀታሊሆሙ ለሥሉስ ቅዱስ ወለሥጋ እግዚእነሂ ረሰይኮ ውስተ መቃብር ከመ አብድንተ ሙታን ወፈለጥኮ እመለኮቱ እስመ ባሕርየ ሥላሴ ፭ዱ ውእቱ ዘውእቱ ፭ዱ መለኮት።	13 ከምዚ ካብ ዝኸውን፡ ነቲ ኣብ ወልድ ዋሕድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዘሎ ነቲ ሓደ ባህርየ ሥላሴ ክብሪ ኽትህብ ስለምንታይ ዘይትፈቱ፡ 'መለኮት ሞተ' እንተበልካ፡ ንሥለስቲኦም ሞይቶም ከምዝበልካ፡ ከምኡ ውን ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ኣብ ውሽጢ መቓብር ከም በድኒ ምዉታን ከምዝገበርካዮን ካብ መለኮቱ ከምዘፈለኻዮን ኣይትፈልጥን ዲኻ፡ ከመይ ባህርየ ሥላሴ ሓደ እዩ። እዚ ድማ ሓደ መለኮት እዩ።
፲፬ አይቴኑ ይእዜ ዘሞየ ወፂወዎ ለሲኦል አንተሰ ትፈስዮ ከመ ፭ዱ ዘአልቦቱ ኃይል ወኮለቆ ምስለ ምውታን እለ ኢያንሰሐስሁ ዘእንበለ ጽንዕ። ዮሐ ፲፭፡፳፭። ሉቃ ፳፬፡፭። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬። ራእ ዮሐ ፩፡፲፯-፲፰።	14 ከምዚ ካብ ዝኸውን እቲ ንሞት ዝሰዓሮ ንሲኦል ውን ዝማረኸ ኣበይ ኣሎ፡ ንሸኻ ኃይሊ ከምዘይብሉ ከም ሓደ ሰብ ገበርካዮ። ምስቶም ጽንዓት ስኢኖም ዘይንቀሳቐሱ ምዉታን ውን ቈጸርካዮ። ዮሐ 11፡25። ሉቃ 24፡5። ግብ ሐዋ 2፡24። ራእ ዮሐ 1፡17-18።
፲፭ ወፈድፋደሰ ናሁ ንረክብ ካልኣነ ዐላውያነ በውስተ ታኦማኅሲስ ዘበትርጓሜሁ ፀረ እግዚአብሔር ብሂል ከመዝ ይሄልዩ በሥጋ ዘሐነፀ ሎቱ	15 ብዝያዳ እኳ ደኣ ንካልኦት መናፍቓን 'ታኦማኅሲስ' ማለት ጸላእቲ እግዚኣብሔር ክበሃሉ እንሆ ንረኽቦም ኣሎና። ፈጣሪ ብምኻኑ ንሱ ከምዝፈለጠ፡ ካብ ንጽሕት

ዘአግናጥዮስ ም. ፲፭ ፥ ዘአግናጥዮስ ም. ፲፪

እግዚአብሔር እምሥጋሃ ወደማ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በከመ የአምር ለሊሁ ከመ ገባሪ እስመ ውእቱ ሥጋ ዘእንበለ ነፍስ ወይቤሉ እስመ መለኮት ኮኖ ህየንተ ነፍስ።

፲፮ ቦኑ እንጋ ወጽአ እምኔሁ መለኮት ውተፈልጠ ወሥጋሂ ሞተ ለግሙራ ይትነፈር ይእዜ ዘይቤ ዘንተ ወይክሕድ ከመዝ ሰሚያ ቃለ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይቤ ተከዘት ነፍስየ እስከ ለሞት ላዕለ መኑ እግዚኦ ላዕለ ሕዝብ ዘይቃጐል። ዘፍ ፱፥፭። ማቴ ፪፥፲-፲፮፥፴፰። ፲፮፥፱።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፲፪ ክፍል ፭

፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አግናጥዮስ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በውስተ መልእክቱ ዘ፲ወ፫።

፪ አማን ተወልደ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እሙነ ልጎቀ እሙነ በልዐ ወሰትየ እሙነ ተሰቅለ እሙነ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን። አመክ ፮፥፲፪። ማቴ ፩፥፲፰-፳፭። ፲፩፥፲፪-፳።ሉቃ ፪፥፵-፶፪። ፩ቆሮ ፲፭፥፫

፫ ዘአምነ በዝንቱ ከመዝ ብፁዕ ውእቱ ወዘአስተተሰ ዘንተ ፍሉጥ ውእቱ እምሕይወት ብፅዕት እንተ ንሴፈዋ ንሕነ። ፩ዮሐ ፪፥፳፭

፬ ወእለሂ ይክፍልዎ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልድ ዋሕድ ወይሬስዎ ፪ኤ ህላዌ እምድኅረ ኮነ ፩ደ ይትኄለቁ ምስለ አይሁድ ሰቃልያነ አምላክ እለ ይቤሉ በዓመፃሆሙ አኮ በእንተ ግብርከ ሠናይ ዘንፍቅድ ንገርከ አላ በእንተ ጽርፈትከ እስመ እንዘ ሰብእ አንተ ትሬሲ ርእሰከ እግዚአብሔርሃ። ዮሐ ፲፥፴፪-፴፫። ፩ቆሮ ፰፥፮።

ዘኣግናጥዮስ ም.11 ፥ ዘአግናጥዮስ ም.12

ድንግል ማርያም ካብ ሥጋኣን ነፍሳን እግዚአብሔር ፈጢሩ ንዝተዋሓዶ ሥጋ፥ እቲ ሥጋ ነፍሲ ከም ዘይብሉ ይሓስቡ ኣለዉ። መለኮት ውን ክንዲ ነፍሲ ኾኖ ይብሉ።

16 ብሓቂኽ መለኮት ካብ ሥጋ ተፈልዩ ዲዩ፡ ሥጋሲ ንዘለዓለም ፈሪሱን በስቢሱንዶ ተሪፉ እዩ፡ እዚ 'ነፍሲ ኣይወሰደን' ዝብል ከምዚ እናበለ ውን ዝኽሕድ፥ ነቲ 'ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ኃዘነት' ዝበሎ ቃል ሰሚዑ ይጎፈር። ኦ ጐይታ እዚ ነገርዚ ኣብ ልዕሊ መን እዩ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝጠፍእ ሕዝቢ እዩ እምበር። ዘፍ 9፡5። ማቴ 2፡20-26፡38። 27፡50።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 12 ክፍሊ 2

1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ክቡር ሰማዕት ኣግናጥዮስ ኣብ መበል 13 መልእኽቱ ከምዚ በለ።

2 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ተወሊዱ ዓበየ፡ ብሓቂ በልዐ ሰተየ፡ ብሓቂ ተሰቐለ ሓመመ ሞተ፡ ብሓቂ ተቐብረ። ካብ ምዉታን ውን ተፈልዩ ተንሥኣ። ኣመክ 6፡12። ማቴ 1፡18-25። 11፡12-20። ሉቃ 2፡40-52። 1ይ ቆሮ 15፡3።

3 እዚ ከምዚ ኢሉ ዝኣመን ብፁዕ እዩ። ነዚ ዝኽሓደ ግና ካብታ ንሕና ተስፋ እንገብራ ክብርቲ ሕይወት ዝተፈልየ እዩ። 1ይ ዮሓ 2፡25።

4 እቶም ወልድ ዋሕድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ድጎሪ ምኻኑ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ዝኸፍልዎ፡- ምስቶም "በቲ ምጽራፍካን ሰብ ከሎኻ ገዛእ ርእሽካ እግዚኣብሔር ብምግባርካ እምበር በቲ ጽቡቕ ግብርካ ኣይኮንናን ንጸልኣካ" ኢሎም በቲ ዓመፃኦም ዝዛረቡን ንኣምላኽ ዝሰቐሉን ኣይሁድ ይቕጽሩ። ዮሐ 10፡32-33። 1ይ ቆሮ 8፡6።

ዘአግናጥዮስ ም. ፲፪ ፥ ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፫	ዘአግናጥዮስ ም. 12 ፥ ዘጎርጎርዮስ ም. 13
፭ ወይኩን መክፈልቶሙ ዕሩየ ምስለ እሉ ከሐድያን እለ ይሔልዩ ድካመ ወታሕፀፀ ለወልደ እግዚአብሔር ቃል ወይሬስይዎ ፪ኤ ህላዌ። ዮሐ ፫፡፴፮።	5 እቶም ኣብ ' ወልደ እግዚኣብሔር ድኻም ጕድለት ኣሎ' ዝብሉን ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝገብርዎን፥ ዕድሎም ማዕረ ከሓድያን ኣይሁድ እዩ። ዮሓ 3፡36።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፫ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 13 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ጎርጎርዮስ ገባሬ ተአምራት ኤጲስ ቆጶስ ዘቂሣርያ ዘቀጶዶቅያ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ቅድስት ሥላሴ።	1 ናይ ኣውራጃ ቀጶዶቅያ ዝኾነት ቂሳርያ ኤጲስቆጶስ፥ ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ ኣብ ዝጸሓፎ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፪ አእምር ኮሎ ግብረ ፫ቱ ግብራት ዘውእቶሙ አስማት ወውእቱ ፍጥረት ወስም ወዘመድ ይትበሀል ሰብእ ወገብር ወመጋቢ።	2 በዞም 3ተ ግብራት ንኾሉ ሥራሕ ፍለጦ፥ ግብራት ዝተባህሉ ድማ ኣስማት እዮም። እዚ ከኣ ፍጥረት፥ ዘመድ፥ ስም እዩ። ሰብ፥ ሹም፥ ተገዛኢ ይበሃል።
፫ ሰብእሰ በእንተ ፍጥረተ ጠባይዒሁ ወገብርሰ በእንተ ግብርናቲሁ ወመጋቢኒ በእንተ ስም ዘተሰምየ። ዘፍ ፩፡፳፮። ፪፡፯-፲፭። ፭፡፪። መዝ ፹፰፡፩-፬።	3 'ሰብ' ምባሉ ቡቲ ባህሪኡ ምርካብ፥ 'ገብር' ምባሉ ቡቲ ተገዛእነቱ፥ 'መጋቢ' ምባሉ ከኣ ስለ ዝተሾመ እዩ። ዘፍ 1፡26። 2፡7-15። መዝ 8፡4-9።
፬ ወናሁ ንቤ ካዕበ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአኮ እሉ አስማት ዘቦኡ ላዕሌሆሙ ድኅረ አላ እሙንቱ እስመ አካላት።	4 ሕጂ ከኣ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ንብል ኣሎና። ግና ኣቐዲሞም ኣካላት ተረኺቦም፥ደኃር በዞም ኣስማት እዚኣቶም ዝተጸውዕሉ ኣይኮነን።
፭ ወብሂለ ሰብእሂ አኮ ውእቱ ስም ዳዕ ሙ ፍጥረቱ ውእቱ እስመ ለኮሎሙ ሰብእ ቦሙ ስም ፩ዱ ለለ፩ዱ እምኔሆሙ እሉ እሙንቱ አዳም አብርሃም ይስሓቅ ወያዕቆብ ወዝንቱ አስማቲሆሙ። ዘፍ ፭፡፪። ፲፯፡፭። ፳፩፡፲፪። ፴፪፡፳፯	5 ሰብ ማለት ከኣ ድኺሩ ዝወጸ ስም ኣይኮነን፥ ባህሪኡ እዩ እምበር። ንኾሉም ሰባት ነፍስ ወከፎም ዝተፈልየ ስም ኣለዎም፥ እዚኣቶም ከኣ ኣዳም፥ ኣብርሃም፥ ይስሓቅ፥ ያዕቆብ እዮም። ኣስማት ሰባት እዚ እዩ። ዘፍ 5፡2። 17፡5። 21፡12። 32፡27።
፮ ወአቃኒመ እግዚአብሔርሰ እሙንቱ አስማት ወአስማትኒ እሙንቱ አቃኒም እስመ ትርጓሜሁ ለአቃኒም አካላት ጽኑዓን ወቀዋምያን ፍጹማን ገጽ ወመልክዕ ብሂል ወሥሉስ ቅዱስ ይሰመዩ እሎንተ አስማተ ጽኑዓነ እንዘ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ፫ቱ አካል ወ፩ዱ መለኮት።ዘፍ ፲፰፡፩-፲። ዮሐ ፲፯፡፩-፯። ራእ ዮሐ ፲፬፡፩።	6 ናይ እግዚኣብሔር ኣቃኒም ኣስማት እዮም። ኣስማት ውን ኣቃኒም እዮም። ትርጓሜ ናይ ኣቃኒም ከኣ ብገጽ ብመልክዕ ፍጹማን ዝኾኑ ብዘይምልዋጥ ጸኒያም ዝነብሩ ኣካላት ማለት እዩ። ባህርይ ሓደ ክኸውን ከሎ በዞም ሠለስተ ኣካላት ጸኒያም ዝነብሩ ኣስማት ዝጽውዑ 3ተ ኣካላት ሓደ መለኮት እዮም። ዘፍ 18፡1-10። ዮሓ 17፡1-6። ራእ ዮሓ 14፡1።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፫	ዘጎርጎርዮስ ም. 13
፯ ወአካሉሰ ለወልድ ሱታፌነ እስመ ፩ዱ ውእቱ እም፪ኡ መለኮት ወትሰብእት ኅቡረ ወረሰዮሙ ፩ደ ለ፪ሆሙ ። ሉቃ ፩፡፴፭። ዕብ ፪፡፲፬።፩ቆሮ ፰፡፮።	7 ናይ ወልድ ኣካሉ ግና ምሳና ተዛሚዱ እዩ። ካብ ዝተዋሓዱ መለኮትን ትሰብእትን ካብ ክልቲኦም ሓደ ኮይኑ እዩ።ንክልቲኦም ውን ሓደ ጌሩዎም እዩ። ሉቃ 1፡35። ዕብ 2፡14። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፰ ወአልቦ ውስቴቱ ፍድፋዴ ዘተወሰከ በመለኮት ወባሕቱ ፫ቱ እሙንቱ በአካል ወአካሎሙኒ ለሥሉስ ቅዱስ ወአስማቲሆሙ አልቦ ውስቴቶሙ ዘይዴኃር አላ እሉ እሙንቱ ብሉያን መዋዕል እምቀዲሙ ዘእንበለ ጥንት ወዘመን። መዝ ፺(፹፱)፡፪። ኢሳ ፵፩፡፬። ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፫።	8 ብመለኮት ናይ ኣካል ራብዓይ፡ ናይ ባህርይ ከኣ ካልኣይ ኮይኑ ዝተወሰነ ኣይኮነን። ብኣካል ሠለስተ እዮም እምበር። ኣካላት ሥላሴ ተቐዲሙ፡ ኣስማቶም ድጎሪ ኣካሎም ዝተረክበ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ጥንት ከይሃለዎም ዘመን ከይቀደሞም ቅድሚ ዘመናት ዝነበሩ እዮም። መዝ 90(89)፡2። ኢሳ 41፡4። ራእ ዮሐ 22፡13።
፱ ወባሕቱ ኢያአምሮሙ መኑሂ እምሰብእ እንበለ ዳዕሙ እምድኅረ ተሠገወ ወልደ እግዚአብሔር ወልድ ዋሕድ ወከሠተ ዘንተ እንዘ ይብል አባ ናሁ ከሠትኩ ስመከ ለሰብእ ሊተኒ ሰብሐኒ በስብሐቲከ። ዮሐ ፩፡ ፲፯። ፲፯፡፩-፭።	9 ካብ ሰብ ወገን ዝኾነ ዝፈልጦም ኣይነበረ። ድጎሪ እቲ ወልደ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ ሰብ ኮይኑ “ኣቦይ እንሆ ስምካ ንኮሉ ሰብ ገለጽክዎ ኣነ ውን ናይ ባህርይ ወድኻ ከምዝኾንኩ ኃኽፈልጡ ዓለም ከይተፈጥረ ብዝነበረ ጐይትነትካ ግለጸኒ” ክብል ምግላጹ እዩ እምበር። ዮሓ 1፡18። 17፡1-6።
፲ ወከምዝ አብሂ ጸርሐ ላዕለ ደብር እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ወከማሁ ዓዲ በውስተ ዮርዳኖስ ፈነወ መንፈስ ቅዱሰ ያጠይቀነ ከመ ሥሉስ ቅዱስ ብሉያን መዋዕል እምቀዲሙ ወዕሩያን እሙንቱ። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯። ፲፯፡፭-፱።፩ዮሐ ፭፡፱-፲። ፪ጴጥ ፩፡፲፯-፲፰።	10 ከምኡ ውን ኣብ ደብረ ታቦር 'እቲ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ' ክብል ድጎሪ ምምስካሩ ከምኡ ድማ ሠለስቲኦም ብቐድምና ዝነበሩ ቀዳማውያን፡ ምብልላጽ ዘይብሎም ማዕረ ከምዝኾኑ ንከረድኣና ኣብ ዮርዳኖስ ንመንፈስ ቅዱስ ድጎሪ ምልኣኹ እዩ እምበር። ማቴ 3፡13-17። 17፡1-9። 1ይ ዮሓ 5፡9-10። 2ይ ጴጥ 1፡17-18።
፲፩ ወልደቱሰ ለወልድ እምአብ ዘኢይትረከብ ወኢይትከሀል ተናግሮቱ እስመ መንፈሳዊ ውእቱ እንበለ ተኃሥሦ እስመ ለመንፈሳዊ ኢይክል ሥጋዊ ረኪቦቶ ወኢይደልዎ ይትኃሠሥ በእንቲአሁ። መዝ ፲፵(፻፭)፡፱-፲፩። ፻፴፱(፻፴፰)፡፮-፲፬። ማቴ ፲፩፡፳፯። ዮሐ ፬፡፳፬።	11 ወልድ ካብ ኣብ ምውላዱ ዘይምርመር ክዝረብ ውን ዘይከኣል እዩ። ዘይምርመር ረቂቕ ስለዝኾነ እቲ ግዙፍ ነቲ ረቂቕ መርሚሩ ክፈልጦ ዘይከኣል እዩ። ናቶም ነገር ውን ክምርመር ዘይከኣል እዩ። መዝ 18(17)፡9-11። 139(138)፡6-14። ማቴ 11፡27። ዮሓ 4፡24።
፲፪ እስመ ኢይትማሰል በህላዌ እኁለ እመሕያው ወኢኮነ ልደቱ ከመ ልደተ እኁለ እመሕያው ዓቢይ ምሥጢር	12 ምስ ባህርይ ሰብ ኣይመሳሰልን እዩ። ልደቱ ውን ከም ልደት ሰብ ኣይኮነን። ረቂቕ ምሥጢር እዩ፡ ኣይምርመርን።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፫	ዘጎርጎርዮስ ም. 13
ውእቱ ወኢይትረከብ ። ኢሳ ፵፡፷፮። መዝ ፹፱(፹፰)፡፮። ግብ ሐዋ ፲፯፡፳፱። ዮሐ ፲፮፡ ፳፯-፳፰።	ኢሳ 40፡25።መዝ 89(88)፡6።ግብ ሐዋ 17፡29። ዮሐ 16፡27-28።
፲፫ ወግብረ እደ እጓለ እመሕያውሰ ናሁ አእመርነ ልደተነ ወዝመንፈሳዊ ይትሌዐል ጠባይዓ እጓለ እመሕያው ወኢይትረከብ ግሙራ በሕሊና እጓለ እመሕያው ወውእቱ ኢይማስን ወኢይትዌለጥ ወዘዚአነሰ ይማስን ወይትዌለጥ ወፍጡነ የጎልፍ። መዝ ፴፱(፴፰)፡፭-፲፫። ፻፪(፻፩)፡፳፬-፳፯።፻፵፩(፲፵፫)፡፬። ኢሳ ፵፡፯-፲፯። ዮሐ ፫፡፯-፱። ፩ጴጥ ፩፡፳፪ወ፳፭።	13 እንሆ ነቲ ካብ ኣባል ዘርኢ ሰብ ዝኾነ ልደትና ግና ፈለጥናዮ። እቲ ረቂቕ ልደት ኣምላኽ ካብ ባህርይ ሰብ ዝረኃቐ እዩ እሞ ብሕሊና ሰብ ተመርሚሩ ኣይብጻሕን እዩ። ናቱ ኣይልወጥንዩ ኣይኃልፍን እዩ። ናትና ባህርይ ግና ይጠፍእ፡ ይልወጥ፡ ቀልጢፉ ውን ይኃልፍ እዩ። መዝ 39(38)፡5-13። 102(101)፡24-27።144(143)፡4።ኢሳ 40፡ 7-17። ዮሐ 3፡6-9።1ይ ጴጥ 1፡22-25።
፲፬ እፎኑ ዘይፄዐቅ ተዓጊቶ እምፀቱ መዓ ዝን ዘውእቱ ምሥራቅ ወምዕራብ ሰሜን ወደቡብ በመትሕተ ሰማይ ወመልዕልተ ምድር።	14 እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይን ኣብ ልዕሊ ምድርን ኣብ 4ተ መዓዝን ብምሥራቕ ብምዕራብ ብሰሜን ብደቡብ ተሓጺሩ ዝጭነቕ ሰብ ከመይ ዝበለ እዩ፡
፲፭ ይትከሀሎኑ ያእምር ዘሀሎ ሰማየ ወበውስተ ምድር ወመትሕተ ዕመቅ ወይወጽእ አፍአ እምሰሜን ወእምደቡብ ወውእቱ ህልው ውስተ ኵሉ መካን ወይመልእ ኵሉ ወቦቱ ኵሉ። መዝ ፻፲፭(፻፲፬)፡፲፮። ፻፴፱(፻፴፰)፡፯-፲፯። ዮሐ ፩፡፫።፰፡፳፫።	15 ነቲ ኣብ ሰማይን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ካብ ሰሜንን ደቡብን ወጻኢ ዝኾነ ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርከብ ንኵሉ ዝመልኣ፡ ኵሉ ዝፈጠረ ናቱ ባህርይ መርሚሩ ክፈልጥ ይከኣሎዶ እዩ፡ መዝ 115(114)፡16። 139(138)፡7-17። ዮሐ 1፡3። 8፡23።
፲፮ ወሶበሰ ክህልነ ኃሚሦቶ ወአእመርናሁ እምአሕፀፅነ ዕበዮ ለመንፈሳዊ ወዳዕሙ እመሰ ክህልነ ንኅሥሥ ከመ ናእምር ምሥጢሮ ለሥጋዊ ዘውእቱ ልደተ ሕሊና እምልብ እፎ ውእቱ አው ንክህል ናእምር ፍጥረተ ፍጡራን ወልደተ ንባብ እምልሳን ምንተ ይመስል ለእመ ኢይትክህለነ ናእምር እሎንተ እለ ሀለዉ ውስቴትነ እፎ ነአምር ምሥጢሮ ለፈጣሪነ ዘኢተፈጥረ ዘይትሌዓል ኵሎ ሕሊናተ ።ኢሳ ፵፩፡፲፭። ሮሜ ፲፩፡፩፡፴፫-፴፮።	16 ንእኡ ክንምርማር እንተንኽእልን እንተ ንፈልጥሲ ነቲ ረቂቕ ዝኾነ ናቱ ዕብየት መጕደልናዮ ነይርና። ግና እንተኽኢልና ንሥጋዊ ምሥጢር ኽንፈልጥ ንመርምር፡ እዚ ከኣ ካብ ልቢ ናይ ሕሊና ምርካብ እዩ፡ ከመይ እዩ፡ ወይ ተፈጥሮ ፍጡራን ኽንፈልጥ ንመርምር፡ ካብ ልሳን ናይ ቃል ምርካብስ እንታይ እዩ ዝመስል፡ ነዞም ኣብ ባህርይና ዘለዉ እኳ ክንፈልጥ ካብ ዘይከኣልና ደኣ፡ ነቲ ሕሊናት ዘይምርምርዎ ነቲ ዘይተፈጥረ ናይ ፈጣሪ ምሥጢር ደኣ ከመይ ጌርና ክንፈልጦ ኢና፡ ኢሳ 45፡15። ሮሜ 16፡1፡33-35።
፲፯ ሶበሰ ደለዎ ለሰብእ ያእምር ዘንተ ምሥጢረ እምኢይቤ ዮሐንስ ወንጌላዊ ነባቤ መለኮት ለእግዚአብሔር አልቦ	17 ነዚ ምሥጢርዚ ሰብ ክፈልጦ ዝግብኦ እንተዝነብር ነይሩስ፡ እቲ ሓድነቱን ሦለስትነቱን ዝተዛረበ ወንጌላዊ ዮሓንስ

ዘኅርኅርዮስ ም. ፲፫	ዘኅርኅርዮስ ም. 13
ዘርእዮ ግሙራ ዘኢይሬእዮ መኑሂ ግሙራ በመኑ ናስተማስሎ እፎኑ ነገሥሥ ናእምር ልደቶ እምአብ ይእዜ። ኢሳ ፵፡፲፰-፳፭።ዮሐ ፩፡፲፰። ግብ ሐዋ ፲፯፡፳፱።	'ንእግዚኣብሔር ፈጺሙ ዝረኣዮ የልቦን' ኣይምበለን ነይሩ። ነቲ ሓደ እኳ ዘይረኣዮ ብመን ክንምስሎ ኸኽእል፡ ነቲ ካብ **አብ** ዝተወልዶ ልደት ኸኽንፈልጥሲ ሎሚ ከመይ ጌርና ንመራመር፡ ኢሳ 40፡18-25። ዮሓ 1፡18። ግብ ሓዋ 17፡29።
፲፰ ንሕነሰ ነአምር ጥዩቀ ከመ ነፍስነ ተነድር ውስቴትነ ከዊና አሐደ ምስለ ሥጋነ ወመኑ ውእቱ ዘርእየ ነፍሶ ግሙራ ወመኑ ዘነሥሣ ወነጸራ በዓ ይነ ሥጋ ለነፍስ ዘትትወሐድ ምስለ ሥጋ።	18 ንሕናስ ነፍስና ምስ ሥጋና ሓደ ኮይና ከም እትነብር ፈጺምና ንፈልጥ ኢና፡ ግና ንነፍሱ ፈጺሙ ዝረኣየ መን እዩ፡ ነዛ ምስ ሥጋ ዝተዋሓደት ነፍሲ ክርኢ ኢሉ ተመራሚሩ ብዓይኒ ሥጋ ዝረኣየስ መን እዩ፡
፲፱ ወሶበ ንቤ ዘንተ ኢይመሰልክሙ ዘንክሕድ ሀልዎተ ነፍስ በሥጋ አላ ንሕነ ነአምን ወነአምር ከመ ሀለወት ነፍስ ለባዊት ውሰተ ሥጋነ ከዊና አሐደ ምስለ ሥጋ ወመኑመ ዘኃሠሠ ፍጥረቶ አስተሐሚሞ ወነጸረ ነፍሶ እንዘ ሀለወት ምስለ ሥጋሁ ወእፎ ሀልወታ።	19 ለባዊት ነፍሲ ምስ ሥጋና ሓደ ኮይና ኣብ ሥጋና ከምዘላ ፈሊጥና ንኣምን እምበር እዚ ክንብል ከሎና ናይ ነፍሲ ምስ ሥጋ ምውሕሓድ ኸኽሕድ ዘሎና ኣይምሰልኩም። ተጊሁ ንተፈጥሮ ዝምርምርን ምስ ሥጋኡ ተዋሒዳ ዘላ ነፍሱ ዝረኣየን መን እዩ፡ ኣነባብራኣ ከመይ ምኻኑ ዝፈልጥክ መን እዩ፡
፳ ወዘንተ ባሕቲቱ ነአምር ከመ ነፍስ ተነድር ውስቴትነ ዘኢያእመርነ ዘሀለወ ውስቴትነ ወኢጠየቅነ አምሳለ እፎመ ይከሀለነ ናእምር ዘከመ ተወልደ ወልድ እምአብ ወከማሁ ንእመን ወንለቡ እስመ ቃል ተወልደ እምአብ ዘእንበለ ተነሥሦ።	20 ግና ነፍሲ ተዋሓሂዳ ከምዘላ ነዚ ጥራይ ኢና ንፈልጥ። ነቲ ኣብ ባህርይና ዘሎ ዘይፈለጥናን ምሥጢር ዘይተረዳእናን ደኣ ወልድ ካብ **አብ** ከመይ ኢሉ ከምዝተወልደ ኸኽንፈልጥ ከመይ ኢሉ ይከኣለና፡ ቃል ካብ **አብ** ከምዝተወልደ እዚስ ከመይ ክኸውን ይኽእል፡ ከይበልና ፈሊጥና ንእመን።
፳፩ ወኢያስተነልፈነ ዘከመ እፎ ልደቱ ውእቱ እስመ ውእቱ ቅድመ ኵሎሙ ፍጡራን ቀዳማዊ ዘእምቀዳማዊ ከመ ነቅዕ ዘእምነቅዕ ወብርሃን ዘእምብርሃን። መዝ ፻፲(፻፱)፡፫። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፷፡፲፪። ፲፪፡፴፭። ዮሐ ፪፡፰። ቈላ ፩፡፲፭-፲፯።	21 ልደቱ ከመይ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ኣይተጎላለፈናን እዩ፡ ከመይ ፈልፋሊ ካብ ፈልፋሊ ከምዝርከብ፡ ብርሃን ካብ ብርሃን ከምዝርከብ፡ ካብ ቀዳማዊ **አብ** ዝተረኽበ ቀዳማዊ ወልድ ቅድሚ ኵሎም ፍጡራን ዝነበረ እዩ። መዝ 110(109)፡3። ዮሓ 1፡1-14። 8፡12። 12፡35። ዮሓ 2፡8። ቈላ 1፡15-17
፳፪ ወለዝንቱሰ ስም ዘውእቱ ቃል ንሌብዎ እምፆቱ ቃላት ወእምፆቱ ግብራት አተርጋዎን ቦርፎሪኮን	22 እዚ 'ቃል' ዝብል ስም ውን 'ኣተርጋዎን፡ ቦርፎሪኮን፡ ኣኣትሪኮን' ካብ ዝተባህሉ ሠለስተ ቃላት፡ ሠለስተ ግብራት ፈሊና ንፈልጦ ኢና።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፫	ዘጎርጎርዮስ ም. 13
አአትሪኮን እሉ እሙንቱ ቃላተ እግዚአብሔር በከመ ጽሑፍ ውስተ መጻሕፍት ወአኮ እሙንቱ ህልዋን በአካላት።	እዚኣቶም እግዚአብሔር ዝፈጠሮም ቃላት ኮይኖም፣ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ብኣካል ዘለዉ ኣይኮኑን።
፳፫ አተርጋዎን አኮ ውእቱ በአካል ህላዊ ወበርፎሪኮን ውእቱ ቃል ዘሰምዕዎ ነቢያት እምኀበ እግዚአብሔር ወውእቱ ቃለ ትንቢት ወአኮ ውእቱ ህላዊ በአካል አአትሪኮን ውእቱ ቃል ዘይትከዐው ውስተ አየር ወእምኔሁ ይትፈነው ንባብ ወአኮ ውእቱ ህላዊ በአካል ። ዘፍ ፲፩፡፯። ፩ቆሮ፲፫፡፩-፲። ዕብ ፩፡፩። ፬፡፮	23 'ኣተርጋዎን' ቃል መላእኽቲ እዩ፣ ብኣካላዊነት ዘሎ ኣይኮነን። 'ቦርፎሪኮን' ነቢያት ካብ እግዚአብሔር ዝሰምዕዎ ቃል ትንቢት እዩ፣ ብኣካል ተፈልዩ ዘሎ ኣይኮነን። 'ኣአትሪኮን' ኣብ ኣየር ዝዝረው ቃልና እዩ። ካብኡ ውን ድምፂ ይርከብ፣ ብኣካላዊነት ዘሎ ኣይኮነን። ዘፍ 11፡7። 1ይ ቆሮ 13፡1-10። ዕብ 1፡1። 4፡6
፳፬ ወቃለ እግዚአብሔርሰ ህልው በአካሉ እምህላዌ ልዑል ወጽኑዕ ወውእቱ ቀዳማዊ ብሉየ መዋዕል ህልው ምስሌሁ እምቀዲሙ ወኢይትፈለጥ እምኔሁ ወኢየኀልቅ ልደቱ እምኔሁ አላ ውእቱ ብሉየ መዋዕል ምስሌሁ በኵሉ ጊዜ ዘእንበለ ፍልጠት ። ዳን ፯፡፱-፲፬። ራእ ዮሐ ፩፡፲፫-፲፰።	24 ቃል እግዚአብሔር ግና ዘይልወጥ ረቂቕ ካብ ዝኾነ ካብ ባህርይ **ኣብ** ተረኺቡ ብኣካላዊነት ዘሎ እዩ። እዚ ድማ ምስ **ኣብ** ብቕድምና ቅድሚ ዘመናት ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ። ካብኡ ውን ኣይፍለን እዩ። ልደቱ ካብኡ ኣይውዳእን እዩ። እኳ ደኣ ኵሉ ጊዜ ብዘይምፍላይ ምስኡ ቅድሚ ዘመናት ዝነበረ እዩ። ዳን 7፡9-14። ራእ ዮሓ 1፡13-18።
፳፭ ኢታምስልዎ ለዝ ቃል ከመ ቃላት እለ ዘከርናሆሙ ዘእንበለ ህላዌ ወካልእ አላ ውእቱ ፍጹመ መልክዕ ወአካል ወገጽ ከመ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ።	25 እዚ ቃልዚ ምስቶም ኣካል ባህርይ የብሎምን ኢልና ዝተዛረብናዮም ቃላት ኣይተመሳስልዎ። ከም **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ብኣካል ብገጽ ፍጹም እዩ።
፳፮ ዝንቱ ቃል ገባሬ ሰማያት ወምድር ውእቱ ወቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዝንቱ ኃይሉ ለእግዚአብሔር ወመዝራዕተ እግዚ አብሔር ወኢይትሌለይ እምአቡሁ ዘአልቦ ጥንት ምስለ አብ በህላዌሁ ዘኢይትፈለጥ። መዝ ፴፫(፴፪)፡፮-፱። ፺፯(፺፰)፡፫-፭። ኢሳ ፵፫፡፩።ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፡፴። ዕብ ፩፡፪-፫	26 እዚ ቃልዚ ሰማያትን ምድርን ዝፈጠረ እዩ። ኵሉ ብቃልኡ ተፈጥረ እምበር ብዘይካኡ ምንም ዝተፈጥረ የልቦን፣ እዚ ኃይሊ እግዚአብሔር ካብ ኣቦኡ ዘይፍለ ቅልጽም እግዚአብሔር፣ ምፍላይ ካብ ዘይብሉ ባህርይ ምስ **ኣብ** ጥንቲ ዘይብሉ ንሱ እዩ። መዝ 33(32)፡5-6። 96(95)፡3-5። ኢሳ 53፡1። ዮሓ 1፡1-14። 10፡30። ዕብ 1፡2-3
፳፯ ዝንቱ ውእቱ ዘለብሰ ሥጋነ ነሢአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ውእቱ ዕሩይ ምስለ አቡሁ እንበለ ሥጋ ዘእንበለ ፍልጠት	27 ካብ እመቤትና ንጽሕት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሲዱ ዝተዋሓደ ንሱ እዩ። ሥጋ ምኻን እንተዘይኮይኑ፣ ብዘይምፍላይን ብዘይምልዋጥን ምስ **ኣብ** ሓደ እዩ።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፫ ፥ ም. ፲፬	ዘጎርጎርዮስ ም. 13፡ ም. 14
ወኢውላጤ ወውእቱ ዕሩይ ምስሌነ በሥጋ ዘእንበለ ፍልጠት።	ብሥጋ ውን ብዘይ ምፍላይ ምሳና ሓደ እዩ።
፳፰ ፳፰ ከማሁመ ዓዲ ውእቱ ዕሩይ ምስለ መንፈስ ቅዱስ እንበለ ሥጋ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ።	28 ከምኡ ውን ሥጋ ምኻን እንተዘይኮይኑ ብዘይምፍላጥን ብዘይምልዋጥን ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓደ እዩ።
፳፱ ፳፱ ወኢኮነ ውእቱ ፪ተ ህላዌ ዳእሙ አሐዱ ህላዌ ውእቱ ዘሥሉስ ቅዱስ እምቅድመ ይሠገው ወልድ ቃል ወካዕበ አሐዱ ውእቱ ህላዌ ዘሥሉስ ቅዱስ እምድኅረ ሥጋዌሁ ለወልድ። ዘዳግ ፮፡፬። ማቴ ፳፰፡፲፱። ዮሐ ፩፡፲፬። ፲፡፴። ፲፬፡፰-፲። ፩ቆሮ ፰፡፮።	29 ንሱ ክልተ ባህርይ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ወልድ ቃል ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ባህርይ ሥሉስ ቅዱስ ሓደ እዩ፡ ከምኡ ውን ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ባህርይ ሥላሴ ሓደ እዩ። ዘዳግ 6፡4። ማቴ 28፡19። ዮሓ 1፡14።10፡30።14፡8-10። 1ይቆሮ 8፡6።
፴ ፴ ወዘሰ ይዌስክ ፍድፋዴ ላዕለ ሥሉስ ቅዱስ በእንተ ትሰብእቱ ለቃል ወውእቱ ፍሉጥ እምኔነ ወእመልእክተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	30 እቲ ቃል ሰብ ስለዝኾነ፡ ኣብ ላዕሊ ሥሉስ ቅዱስ ናይ ኣካል ራብዓይ፡ ናይ ባህርይ ካልኣይ ዝውሰኽ፡ ካባናን ካብታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እትምህሮ ትምህርትን ዝተፈልየ እዩ።
፴፩ ፴፩ ዝንቱ ፍጻሜ ሃይማኖት ቅድስት እንተ ሐዋርያት ዘእግዚኣብሔር ልዑል ወርኡስ። ዮሐ ፳፡፳፩። ፪ቆሮ ፩፡፲፯-፳። ግብ ሐዋ ፳፡፳፰።	31 እታ ረቂቕ ገዛኢ እግዚኣብሔር ዝሾሞም ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስቲ ናይ ሃይማኖት ፍጻሜ እዚኣ እያ። ዮሓ 20፡21። 2ይ ቆሮ 5፡17-20። ግብ ሐዋ 20፡28።
፴፪ ፴፪ ወስብሐት ለሥሉስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።	32 ንሥላሴ ክብርን ምስጋናን ንዘለዓለም ይኹን፡ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራብ ፲፬ ክፍል ፩

፩ ፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ገባሬ ተኣምራት በውስተ መጽሐፈ ክፍል ዘሃይማኖት።	1 ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ምሥጢራት ሃይማኖት ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ደጊሙ ከምዚ በለ።
፪ ፪ እግዚኣብሔር ዘበአማን ዘሀሎ እንበለ ሥጋ አስትርአየ ይእዜ በሥጋ እንዘ ውእቱ ፍጹም በመለኮቱ ዘበአማን ወአኮ ውእቱ ፪ቱ አካል ወኢ፪ቱ ህላዌ። ዮሐ ፫፡፲፮።፩ጢሞ ፫፡፲፮። ሮሜ ፲፮፡፳፬-፳፯።	2 ካብ ቅድም ሥጋ ዘይነበሮ እግዚኣብሔር ብሓቀኛ ባህሪኡ ረቂቅ ክሽውን ከሎ ሎሚ ብሥጋ ተገልጸ። ንሱ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኣይኮነን። ዮሓ 3፡8። 1ይጢሞ 3፡16። ሮሜ 16፡24-27።
፫ ፫ ወኢንቤ ካዕበ ንሕነ ናመልክ ረቢዓነ እንዘ ንብል እግዚኣብሔር ወወልደ እግዚኣብሔር ወሰብእ ወመንፈስ ቅዱስ ወበእንተ ዝንቱ ንሕነ ናወግዝ	3 ከምኡ ድማ ንሕና ኣርባዕተ ኢልና ማለት 'ንእግዚኣብሔር፡ ንወዲ እግዚኣብሔር፡ ሰብን መንፈስ ቅዱስን' እናበልና ነምልኽ ኣይንብልን ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 14 ክፍሊ 1

1 ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ምሥጢራት ሃይማኖት ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ደጊሙ ከምዚ በለ።	
2 ካብ ቅድም ሥጋ ዘይነበሮ እግዚኣብሔር ብሓቀኛ ባህሪኡ ረቂቅ ክሽውን ከሎ ሎሚ ብሥጋ ተገልጸ። ንሱ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኣይኮነን። ዮሓ 3፡8። 1ይጢሞ 3፡16። ሮሜ 16፡24-27።	
3 ከምኡ ድማ ንሕና ኣርባዕተ ኢልና ማለት 'ንእግዚኣብሔር፡ ንወዲ እግዚኣብሔር፡ ሰብን መንፈስ ቅዱስን' እናበልና ነምልኽ ኣይንብልን ።	

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፬ ፥ ፲፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 14 ፥ 15
መናፍቃነ ኵሎ እለ ይብሉ ዘንተ ወይዌስኩ ዘንተ ብእሴ ፍጡረ ውስተ ስብሐተ መለኮት። ገላ ፩፡፲-፲። ፪ዮሐ ፩፡፮-፲።	ስለዚ ኀቡኵሎም እቶም ነዚ ዝብሉን ነቲ ዝተፈጥረ ሰብ ናብ ክብሪ ኣምላኽነት ብጎድረት ዝውሰኹን መናፍቃን ነወግዞም ኣሎና። ገላ 1፡8-10።2ይ ዮሓ 1፡6-10።
፬ ንሕነሰ ንብል እስመ ቃለ እግዚአብሔር ሥጋ ኮነ በእንተ መድኃኒትነ ከመ ንልበስ አምሳሊሁ ለብእሲ ሰማያዊ ወረሰየነ አማልክተ አርአያሁ ለወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ወወልደ እጓለ እመሕያው በሥጋ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥነ ለዓለመ ዓለም አሜን። መዝ ፹፯(፹፪)፡፮። ዮሐ ፩፡፲፬። ፩፡፭፯ግዕዙ ተመልከት። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፭-፵፱።	4 ንሕና ግና እግዚኣብሔር ቃል ንኣና ንምድኃን ሥጋ ከምዝተዋሓደ ንዛረብ ኣሎና። እዚ ኸኣ ነቲ ሰማያዊ ክርስቶስ ምእንቲ ክንመስል ከምኡ ውን ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱን ብሥጋ ኸኣ ወዲ ኣዳም ዝኾነ ብሓቂ ዘለዓለማዊ ንጉሥና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምምሳል ናይ ጸጋ ኣማልኽት ኽንገብረና እዩ። መዝ 107(106)፡20። ዮሓ 1፡14። 5፡27። 1ይ ቆሮ 15፡45-49።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፭ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 15 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ጎርጎርዮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘአርማንያ ሰማዕት ዘእንበለ ደም በውስተ ጸሎቱ።	1 ብዘይ ደም ሰማዕት ዝኾነ፡ ናይ ኣርማንያ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኣብ ጸለዎቱ ከምዚ በለ።
፪ ዘፈነወ ወልዶ ዋሕደ ውስተ ዓለም ብርሃን ዘእምብርሃን ሕይወት ዘእምሕይወት ከመ ይሠገው በአርአያነ እምቅድስት ድንግል ማርያም ወያብጽሐነ ኀበ መለኮቱ። ዮሐ ፮፡፶፩።፲፩፡፳፭። ገላ ፬፡፬። ኤፌ ፪፡፲፮። ግብ ሐዋ ፬፡፲፪።	2 ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ሕይወት ዝተረኽበ ሕይወት፡ ቀዳምን ሰዓ ብን ዘይብሉ ወዱ ናብዚ ዓለምዚ ዝለኣኾ፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ናትና ባህርይ ኽኸወሓድን ንገሶይትነቱ ናብ ምፍላጥ ኽኸብጽሓናን እዩ። ዮሐ 6፡55። 11፡25። ገላ 4፡4። ኤፌ 2፡16። ግብ ሓዋ 4፡12።
፫ ዝንቱ ዘኮነ ከማነ ወተወልደ እምቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወእምድኅረ ትስብእቱ ካዕበ ሀለወ በስብሐቲሁ ወህላዌ መለኮቱ ኢተመይጠ ኀበ ከዊነ ትስብእት ወኢሐፀ በእንተ ሥጋ።	3 ከማና ሰብ ዝኾነ፡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ዝተወልደ እዚ እዩ፡ ሰብ ምስ ኾነ ውን ብገሶይትነቱ ጸኒዑ ዘሎ እዩ፡ ባህርየ መለኮቱ ናብ ሰብ ምኻን ኣይተለወጠን ሥጋ ብምውሓዱ ኸኣ ጉድለት ኣይተረኽቦን።
፬ ዳእሙ ብሉየ መዋዕል ውእቱ ወይሄሉ ለዓለመ ዓለም ምስለ አቡሁ ኀር ወመንፈስ ቅዱስ ወበእንተ አፍቅሮቱ ኪያነ ኮነ ከማነ ይረስየነ አማልክተ እስመ ዛቲ ይእቲ ሥምረቱ። መዝ ፶(፵፱)፡፪። ፩ዮሐ ፫፡፩።	4 እኳ ደኣ ምስቲ ለዋህ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ቅድሚ ዘመን ዝነበረ ንዘለዓለም ውን ዝነብር እዩ። ንኣና ውን ስለዘፍቀረና ከማና ሰብ ኮነ። ከመይ ናይ ጸጋ ገዛእቲ ኽኸንገብረና ፍቓዱ እዚኣ እያ። መዝ 90(89)፡2። 1ይ ዮሓ 3፡1።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፲፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 15
፭ ውእቱመ ወሀበ ትዕግሥተ ለቅዱሳኒሁ ይጹሩ ፃማ ወዝንጎ ወሞተ ።መዝ ፸፬(፸፫)፲-፭፯። ማቴ ፲፡፲፮-፴፰። ሉቃ ፳፩፡፲፬-፲፱። ፪ቆሮ ፬፡፯-፲፩። ራእ ዮሐ ፲፫፡፲-፲፭።	5 ንሱ መከራ ላግጺ ሞት ኀክቐበሉ ንቅዱሳን ትዕግሥቲ ሃበ። መዝ 44(43)፡10-27። ማቴ 10፡16-38። ሉቃ 21፡14-19። 2ይ ቆሮ 4፡7-14። ራእ ዮሐ 13፡10-11።
፮ ወሰብሖሙ በእንተ ዝንቱ እስመ አሕዛብ አፍቀሩ አርአያ ወአምሳለ እጓለ እመሕያው እምዕፀው ዘፀረብዎ ፀረብት ወበእንተዝ ውእቱኑ ኮነ በአርአያ ሰብእ እሙነ ከመ ይርአይዎ ገባርያነ አርአያ ወአምሳላት ወይትቀነዩ ለአምሳለ መለኮቱ። ኢሳ ፵፡፲፰-፳፭። ሮሜ ፩፡፳፫-፳፭። ፪ ጴጥ ፩፡፫።	6 በዚ ኣኽበሮም። ምኽንያቱ ኣሕዛብ ነቲ ጽረብቲ ዝጸረብዎ ምስሊ ጣያት ዕንጸይቲ ስለዝፈተዉ ምእንትዚ ንሱ ብሓቂ ብባህርየ ሰብ ተገልጸ። እዞም ምስልን ጣያትን ዝሠርሑ ሰባት ኮሎም ኀክርእይዎን ኣምሳል ኣምላኽነት ርእዮም ምእንቲ ክግዝእዎን እዩ። ኢሳ 40፡18-26። ሮሜ 1፡23-25። 2ይ ጴጥ 1፡3።
፯ ወዓዲ ይቤ በውስተ ዝንቱ ጸሎት ወበእንተዝ ኮነ ወልድከ ዋሕድ ሥጋ ወለብሰ አርአያ ሰብእ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬	7 ዳግማይ ውን በዚ ጸሎትዚ ከምዚ በለ፡ ስለዚ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወድኻ ሥጋ ኮነ ናይ ሰብ ባህርይ ውን ተዋሓደ። ዮሓ 1፡1-14
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፰ ወካዕበ ይቤ በውስተ ዛቲ ጸሎት እንዘ ያወሥኦ ለአብ ለከ ለባሕቲትከ የደሉ ስባሔ።	8 ከምኡ ውን በዛ ጸሎትዚኣ ዘረባኡ ናብ አብ ኣቐኒዑ ንኣኻ ጥራይ ክብሪ ምስጋና ይግባእ በለ።
፱ ተሣህል በዕበይከ ወጊሩትከ ላዕለ ዛቲ ሀገረ አርማንያ ከመ ያእምሩከ ለከ ወለወልድከ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ዘፈነውኮ ወለብሰ ሥጋነ ወተወክፈ አርአያ ወአምሳለ ግብረ እደዊሁ።ዮሐ ፲፯፡፫። ፩ጢሞ ፪፡፩-፮።	9 ብለውሃትካን ብጕይትነትካን ነዛ ሃገረ ኣርማንያ ይቕረ በለላ። እዚ ድማ ንኣኻ ኀክፈልጡኻ ከምኡ ውን ናብዚ ዓለም ንዝለኣኽካዮ ሥጋና ዝተዋሓደ ነዚ ብቻሉ ዝፈጠሮ ባህርይና ናቱ ዝገበረ ነዚ ሓደ ወድኻ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ኀክፈልጥዎ።ዮሓ 17፡3።1ይ ጢሞ2፡110።
፲ እስከ ሶበ ተወክፈ ሥጋ እጓለ እመሕያው ወሰሐበ ኀቤሁ ኮሎ እጓለ እመሕያው ከዊኖ ዘመዶሙ እስመ ኢይትከሀሎ ለሰብእ ይርአይ ገጽከ ወይሕየው። ዘፀ ፴፫፡፳። ዮሐ ፲፪፡፴፪። ም ፬፡፲፱	10 ክሳዕ ባህርየ ሰብ ተዋሒዱ ዘመዶም ኮይኑ ኀኾሉ ሰብ ናብኡ ክሳዕ ዘቕርቦ፡ ሰብ ገጽካ ርእዩ ሕያው ክኸውን ዘይክኣል ነበረ። ዘፀ 33፡20። ዮሓ 12፡32። ም 4፡19
፲፩ ኮነ በአርአያ ሰብእ እስከ ኮኑ ሰብእ ድልዋነ ይርአይዎ ለመለኮት እስመ ሶበ ርኢነ ዘመደ ሥጋነ ንሴብሕ ለመለኮተ ወልድ በጊሩቱ ለአብ። ግብ ሐዋ ፲፯፡፳፱። ዕብ ፪፡፲፩-፲፰። ❖ ❖ ❖	11 ሰባት ንመለኮት ክርእዩ ብቕዓት ክሳዕ ዝኾኑ ብባህርይ ሰብ ተገልጸ። ብሥጋ ዘመድና ኮይኑ ምስ ርኣናዮ ብለውሃት አብ ንናይ ወልድ ጕይትነት ነመስግኖ። ግብ ሓዋ 17፡29። ዕብ 2፡11-18። ❖ ❖ ❖

ዘእለእክንድሮስ ም. ፲፮	ዘእለእክንድሮስ ም. 16
ምዕራፍ ፲፮ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 16 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ወውእቱ ሊቅ በማኅበረ ኒቅያ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ።	1 ኣብ ኒቅያ ንዝተጋብኡ ማኅበር ኣፈ ጉባኤ ዝኾነ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት እለእስክንድሮስ ናይ ምሥጢረ ሥጋዌ ነገር ኣብ ዝዛረብ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፪ ምንትኑ አጽሐቆ ይረድ እግዚአብሔር ቃል ውስተ ምድር ወይሠገው እምቅድስት ድንግል ወይጠበለል በአጽርቅት ወይትወደይ ውስተ ኅል ወይጥቡ ሐሊበ እምአጥባተ ብእሲት ወይጠመቅ በዮርዳኖስ።	2 እግዚአብሔር ቃል ናብዚ ዓለምዚ ንክመጽእ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ንክዋሓድ እንታይ ኣትግሆ፡ ብኣጭርቕቲ ንክጥቕለል፡ ኣብ ደምበ ንክድርበ ከምኡ ውን ካብ ቅድስት ድንግል ጸባ ንክጠቡ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ውን ንክጥመቕሲ እንታይ ኣትግሆ፡
፫ ወይትቃፀቦ ጲላጦስ ዐላዌ ሕግ ወይሰቀል ዲበ ዕፅ ወይትወደይ ውስተ መቃብር ወይትነሣእ በሣልስት ዕለት አኮኑ በእንቲአነ ከመ ያንሥአነ ለነ እለ ማሰነ። ኢሳ ፯፡፲፬። ፊልጵ ፪፡፩-፱። ፩ቆሮ ፩፡፳፩-፳፭።	3 መፍረስ ሕጊ ዝኾነ ጲላጦስ ንክሣለቐሉ፡ ኣብ መስቀል ንክስቀል፡ ኣብ መቓብር ንክቐበር፡ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ንክትንሥእ እንታይ ኣትግሆ፡ ብፍዳ ተታኒዝና ዝነበርና ንኣና ንክድኅንዶ ኣይኮነን። ኢሳ 7፡14። ፊልጵ 2፡5-9። 1ይ ቆሮ 1፡21-25።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አቡነ ቅዱስ እለ እስክድሮስ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሕማማቲሁ ለእግዚእነ።	4 ዳግማይ ውን ብዛዕባ ናይ ጐይታና ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ እዚ ቅዱስ ኣቦ እለእስክንድሮስ ከምዚ በለ።
፭ ኦ ለዝንቱ ምሥጢር ሐዲስ ዘኢይትነገር ቦቱ ለመኰንን ኰነንዎ ወለዘይፈትሕ ማዕሠረ ኃጢኣት አሠርዎ ወለዘይእኅዝ ዓለመ አኀዝዎ።	5 ብእኡ ንዘይንገር ነዚ ሓድሽ ምሥጢርዚ ኣድናቕት ይግባእ፡ ነቲ ፈራዲ ፈረድዎ ነቲ ካብ ማእሠር ኃጢኣት ዝፈትሕ ኣሠርዎ።ነቲ ንዓለም ዝጎዝ ንእኡ ኃዝዎ።
፮ ለዘይሁብ ሕይወተ ለሰብእ አስተይዎ ሐሞተ ወሞተ ማሕየዊ ወተቀብረ ዘአነሥአሙ ለሙታን።ሉቃ ፲፫፡፲-፲፮። ዮሐ ፲፩፡፲፩። ፲፱፡፳፰-፴።	6 ንሰብ ሕይወት ዝህብ ንእኡ ሓሞት ኣስተይዎ፡ እቲ ዘድጎን ሞተ እቲ ንምዉታን ዘተንሥእ ተቐብረ። ሉቃ 13፡10-17። ዮሓ 11፡11። 19፡28-30።
፯ አንከሩ ኃይላተ ሰማያት አሜሃ ወተደመ መላእክት ወደንገፁ ኵሉ አናስረ ፍጥረት ወአንከሩ ኵሎሙ ፍጡራን።ኢሳ ፶፱፡፯። ፩ቆሮ ፪፡፮-፲።	7 ኣብ ሰማይ ዘለዉ ኃይላት ተደነቐ፡ እቶም መላእክቲ ውን ብተደሞ ፈዘዙ እቶም ኣብ ልዕሊ ፍጡራን ዝተሾሙ ኵሎም ኣንቀጥቀጡ፡ ኵሎም ፍጡራን ውን ተደነቐ። ኢሳ 49፡7። 1ይ ቆሮ 2፡6-10።
፰ ወይቤሉ አይሁድ ናሁ መኰነን ወይትኴነን እንዘ ውእቱ ያረምም ወዘኢያስተርኢ ተርአየ ወኢያውሥአ	8 እቶም ኣይሁድ ውን እቲ ገዛኢ እንሆ በሉ፡ ንሱ ግና ሰቕ ኢሉ መከራ ተቐበለ፡ እቲ ዘይረኣ ተራእየ፡ በየናይ ዕዳይ

ዘእለእክንድሮስ ም. ፲፮ ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፮	ዘእለእክንድሮስ ም. 16 ዘሠለስቱ ምዕት ም. 17
ወዘኢይትአኀዝ ተእኀዘ ወኢተምዕዐ።	እዩ፡ ውን ኣይበለን። እቲ ዘይተኃዝ ተታኀዘ፡ ግና ኣይተቈጥዐን።
፱ ወዘኢየሐምም ሐመ ወኢተበቀለ ወዘኢይመውት ሞተ እንዘ ይትዔገሥ ወሰማያዊ ሰከበ በውስተ መቃብር በትዕግሥት። ማቴ ፳፯፡፳፱-፴፫። ፩ ጴጥ ፪፡፳፩-፳፭።	9 እቲ ዘይሓምም ሓመመ ግና ኣይተበቀለን እቲ ዘይመውት ንሱ ብፍቓዱ ሞተ ሐራይ ይኹን ኢሉ ውን ኣብ መቓብር ኃደረ። ማቴ 27፡29-43። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።
፲ አንከሩ ኵሉ ፍጥረት እስመ በእንተ ሰብእ ሐመ ዝንቱ ዘኢየሐምም ወኰነንዎ ለመኰንነ መካንንት ወነጸርዎ ለዘኢይትኔጸር ወአሞትዎ ለዘኢይመውት ወሰማያዊ ተወድየ ውስተ መቃብር። ማር ፲፭፡፲፭-፳፯። ቈላ ፪፡፲፬-፲፭። ዕብ ፲፪፡፪። ራእ ዮሐ ፩፡፭-፯።	10 ኵሉ ፍጥረት ኣድነቐ፡ ከመይ ዘይሓምም ንሱ ምእንቲ ሰብ መከራ ተቐበለ፡ ኣብ ልዕሊ መኳንንቲ ንዝፈርድ ንእኡ ፈረድዎ፡ ነቲ ዘይረአ ዕርቃኑ ተሰቒሉ ረኣይዎ፡ ነቲ ዘይመውት ቀተልዎ፡ እቲ ሰማያዊ ኣብ መቃብር ተቐብረ። ማር 15፡17-27። ቈላ 2፡14-15። ዕብ 12፡2። ራእ ዮሐ 1፡5-7።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 17 ክፍሊ 1**
፩ ይቤሉ ፫፻፲፰ወ፩ቱ፡ እለ ተጋብኡ በኒቅያ በእንተ ሃይማኖተ ጸሎተ ሃይማኖት ወእምዝ ሠርዑ አበው ፫፻፲፰ወ፩ቱ፡ ሃይማኖተ ርትዕተ ለኵሉ ሕዝበ ክርስቲያን ከመ ንለቡ ወንእመን ውስተ አእምሮ እግዚአብሔር በ፩ ህላዌ ዘሥሉስ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	1 ስለ ሃይማኖት ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ 318 ሊቃውንቲ ብዛዕባ ሃይማኖት ተዛረቡ። እዞም 318 ሊቃውንቲ ንኣርዮስ ኣውጊዞም ድጎሪ ምፍላዮም ንኵሉም ሕዝበ ክርስቲያን ቅንዕቲ ሃይማኖት ወሰኑ፡ እዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ብዝሃበና ፍልጠት ተረዲእና ናይዞም ሠለስተ ኣካላት ባህርይ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ሓደ ምኻኖም ንክንኣምን እዩ።
፪ አማን ርትዕት ሃይማኖት እንተ አበው ሐዋርያት እቁም እንተ ታስተጋብእ እምኵለሄ ። ም ፩፡፳፯። ም ፯፡፩-፲፬። ፩ቆሮ ፲፬፡፴። ኤፌ ፬፡፭። ቲቶ ፩፡፩። ዕብ ፲፩፡፩-፪።	2 እዛ ካብ ኣቦታትና ሓዋርያት ተተጎኒዛ ዝመጸት፡ ካብዚ ኣይትጎለፍ ካብዚ ኣይትትረፍ ኢሎም ዝወሰንዋ፡ ካብ ኣርባዕተ መኣዝን ንኵሉ ሰብ ዝኣከበት ሃይማኖት ብሓቂ ቅንዕቲ እያ። ም 1፡26። ም 6፡1-14። 1ይ ቆሮ 14፡40። ኤፌ 4፡5። ቲቶ 1፡1። ዕብ 11፡1-2።
፫ ከመዝ ኀብሩ ወይቤሉ ነአምን በአሐዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ገባሬ ሰማያት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።	3 እዞም 318 ሊቃውንት ሓደ ኮይኖም፡ ንኵሉ ብዝገዝእ ሰማያትን ምድርን ዝርኣን ዘይርኣን ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዚኣብሔር ንኣምን በሉ።
፬ ወነአምን በአሐዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም።	4 ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ብዝነበረ ቀዳምን ሰዓብን ብዘይብሉ ወልደ አብ ብሓደ ጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን።

ዘሥለስቱ ምዕት ም.፲፯

፭ ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእም አምላክ ዘበአማን ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ ኀቡር ህላዌሁ ምስለ አቡሁ በመለኮቱ።

፮ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።

፯ ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፱።

፰ ኮነ ብእሴ ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ። ዮሐ ፲፱፡፩-፵፪።

፱ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት በከመ ጽሑፍ ውስተ ቅዱሳት መጻሕፍት ዐርገ በሰብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አቡሁ ። ዘፍ ፵፱፡፱። መዝ ፫፡፭።፻፱(፻፩)፡፩-፪። ማቴ ፳፰፡፩-፯። ዮሐ ፪፡፲፱-፳፫። ፩ቆሮ ፲፭፡፫-፭።

፲ ካዕበ ይመጽእ በስብሐት ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ ። ማቴ ፳፭፡፴፩-፵፮። ግብ ሐዋ ፩፡፲፩። ፩ተሰሎ ፬፡፲፩-፲፰። ራእ ዮሐ ፳፡፲፩-፲፭።

፲፩ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ እግዚእ ማሕየዊ ዘሠረፀ እምአብ ንስግድ ሎቱ ወንሰብሖ ምስለ አብ ወወልድ ዘነበበ በነቢያት ። ዘፍ ፩፡፪። መዝ ፴፫(፴፪)፡፭-፮።፶፩(፶)፡፲፩። ፻፵፫(፻፵፪)፡፲። ኢሳ ፮፡፩-፬። ማቴ ፳፰፡፲፱። ዮሐ ፲፭፡፳፮። ግብ ሐዋ ፳፰፡፳፭።

፲፪ ወነአምን በአሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ ላዕለ ኵሉ ጉባኤ ዘሐዋርያት ወነአምን በአሐቲ ጥምቀት

ዘሥለስቱ ምዕት ም.17

5 ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝተወልደ እምበር ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ባህርዩ ምስ አቦኡ ብመለኮት ሓደ እዩ።

6 ኵሉ ብእኡ ዝተፈጥረ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ዘሎ ብዘይካኡ ምንም ዝተፈጥረ ዘየልቦ። ዮሓ 1፡1-18።

7 ንኣና ንምድኃን ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ኮነ። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡27-39።

8 ወዲ 30 ዓመት ጐበዝ ኮነ፡ ሰብ ጳንጦስ ብዝኾነ ብዘመን ጲላጦስ ምእንታና ተሰቐለ፡ ምእንታናውን ሓመመ ሞተ ተቐብረ። ዮሓ 19፡1-42።

9 ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ተንሥኡ፡ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ውን ብምስጋናን ብኽብርን ናብ ሰማይ ዓረገ ኣብ ማዕረ አቦኡ ድማ ተቐመጠ። ዘፍ 49፡9። መዝ 3፡5። 12(11)፡5-6። ማቴ 28፡1-7። ዮሓ 2፡19-23። 1ይ ቆሮ 15፡3-5።

10 ካልኣይ ድማ ብጐይትነት ንሕያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ኪመጽእ እዩ፡ ንመንግሥቱ ፍጻሜ የብሉን ። ማቴ 25፡31-46። ግብ ሐዋ 1፡11።1ይ ተሰሎ4፡15-18።ራእ ዮሓ 20፡11-15።

11 ንኣብ ኣኺሉን መሲሉን ብዝተረኽበ ናይ ባህርይ ገዛኢ ናይ ባህርይ ሕይወት ብዝኾነ ብመንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን። ምስ አብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ዝተዛረበ ንሱ እዩ። ዘፍ 1፡2። መዝ 33(32)፡5-6። 51(50)፡11። 143(142)፡10።ኢሳ 6፡1-4። ማቴ 28፡19። ዮሓ 15፡26። ግብ ሐዋ 28፡25።

12 ሓዋርያት ብዝኣከብዋ ልዕሊ ኵሉ ብዝኾነት ብሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ውን ንኣምን ኢና፡ ከምኡ ኃጢኣት ብዝሥረየላ

ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፯ ፡፲፰	ዘሠለስቱ ምዕት ም.17 ፡18
ለሥርየተ ኃጢኣት። ግብ ሐዋ ፲፩፡፳፭-፳፯። ፳፡፳፰። ኤፌ ፬፡፭። ዕብ ፮፡፩-፮።	ብሓንቲ ጥምቀት ውን ንኣምን። ግብ ሐዋ 11፡25-26። 20፡28። ኤፌ 4፡5። ዕ ብ 6፡1-6።
፲፫ እንዘ ንሴፎ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ ለዓለመ ዓለም አሜን። ማቴ ፲፫፡፵፫። ፳፭፡፵፮። ዮሐ ፫፡፳፭። ግብ ሐዋ ፳፫፡፮። ፳፬፡፲፭። ፪ ጴጥ ፫፡፲፫። ራእ ዮሐ ፳፩፡፩-፮።	13 ናይ ምዉታን ትንሣኤን ዝመጽእ ናይ ዘለዓለም ሕይወትን ብሓቂ ተስፋ ንገብር ።ማቴ 13፡43።25፡46። ዮሓ 3፡26። ግብ ሐዋ 23፡6። 24፡15። 2ይ ጴጥ 3፡13። ራእ ዮሐ 21፡1-6።
፲፬ እመቦ ዘይቤ ሀሎ ዘመን ወመዋዕል እምቅድመ ልደቱ ለወልድ እንዘ ኢሀሎ ውእቱ ወእምዝ ኮነ እምዘኢኮነ አው ዘይቤ እምካልእ አካል ውእቱ አው እምካልእ ህላዌ አው ዘይቤ እስመ ውእቱ ይማስን ወይትዌለጥ እስመ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ ሐዋርያት ታወግዞሙ ወትረግሞሙ።	14 ወልድ ቅድሚ ምውላዱ ንሱ ዘይብሉ ዘመን ነበረ ዝብል እንተ ደኣ ሃልዩ፤ ካብ ዕለት ካብ ዘመን ንደኃር ከይተፈጥረ ካብ አብ ተረኽበ ዝብል፡ ወይ ካብ ካልእ ባህርይ ተረኽበ ዝብል፡ ወይ ክኃልፍዩ ክልወጥ እዩ ዝብል ሰብ እንተ ደኣ ሃልዩ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቤተ ክርስቲያን ክብርቲ እያሞ ተውግዞምን ትፈልዮምን እያ።
፲፭ እስመ ከማሁ ለእለ ይሔልዩ ታሕፃፀ ለመንፈስ ቅዱስ ትፈልጠሙ ወትመትሮሙ ። መዝ ፺(፹፱)፡፫። ፻፲(፻፱)፡፫። ዮሐ ፩፡፩-፬።፲፡፴። ፲፯፡፳፯-፴፰። ቲቶ ፫፡፲- ፲፩። ፩ቆሮ ፭፡፬-፮።	15 ከምኡ ውን ንመንፈስ ቅዱስ ሕፁፅ እዩ ንዝብሉ ተውግዞምን ትፈልዮምን እያ። መዝ 90(89)፡3። 110(109)፡3። ዮሓ 1፡1-4። 10፡30። 17፡27-38። ቲቶ 3፡10-11። 1ይ ቆሮ 5፡4-6።
፲፮ ዛቲ ሃይማኖት እንተ ሠርዕዋ አበዊነ ኤጲስ ቆጶሳት ቅዱሳን በሀገረ ኒቅያ።	16 ቅዱሳን ኣቦታት ኤጲስቆጶሳት ኣብ ሃገረ ኒቅያ ዝወሰንዋ ሃይማኖት እዚኣ እያ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፰	**ምዕራፍ 18**
፩ ወምክንያተ ጉባኤሆሙሰ ኮነ በእንተ አርዮስ ዘይቤ እስመ ወልደ እግዚአብሔር ፍጡር ውእቱ ወበእንተ ኮሎሙ ዐላውያን ፎጢኖስ ወጳውሎስ ሳምሳጢ ወማኒ ወዋሊጠን ወመርቅያን ወበእንተ ኮሎሙ አርሲሳን እለ ተንሥኡ ላዕለ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ ሐዋርያት ይድብይዋ።	1 ምኽንያት መኣከቢኣም ውን ኑቲ ወልደ እግዚኣብሔር ክርስቶስ ፍጡር እዩ ንዝበለ አርዮስ፡ ከምኡ ውን ንኮሎም መናፍቓን ንፎጢኖስ (ደኃራዊ ስለዝበለ)፡ ንጳውሎስ ሳምሳጢ (ጎድረት ስለዝበለ)፡ ንዋሊጠን ማኒን (ምትሓት ስለዝበሉ)፡ ንመርቅያን (ዝርው ስለዝበለ)፡ ነዛ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ዝኸበረት ቤተ ክርስቲያን ንኽወርዋ ዝተላ ዕሉ ኮሎም መናፍቓን ንምውጋዝ እዩ።
፪ ወኰነንዎሙ እሉ ኤጲስ ቆጶሳት ፫፻፲፰ወቋ ተጋቢኦሙ በኒቅያ።	2 እዞም 318 ኤጲስቆጶሳት ኣብ ኒቅያ ተኣኪቦም ኣውጊዞም ፈለይዎም።
፫ ወምስሌሆሙ መንፈስ ቅዱስ በአሐዱ ስንዕ በሥምረቱ ለሥሉስ ቅዱስ።	3 መንፈስ ቅዱስ ከኣ ሓቢርዎም ነበረ። ከም ሓደ ልቢ መኻሪ ከም ሓደ ቃል ተናጋሪ ኮይኖም ብፍቓድ ሥሉስ ቅዱስ ፈለይዎም።

ዘሠለስቱ ምዕት ምዕራፍ	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 18
መዝ ፶፩(፶)፡፲፪። ዮሐ ፲፯፡፭-፲፭። ግብ ሐዋ ፲፭፡፳፰። ፩ቆሮ ፲፪፡፩-፫።	መዝ 51(50)፡12። ዮሐ 17፡7-15። ግብ ሐዋ 15፡28። 1ይ ቆሮ 12፡1-3።
፬ ወጸሐፉ ለነ ዘንተ ሥርዓተ ሃይማኖት ወቀኖና አመ ፱ ለወርኃ ጎዳር በ፮፻፴፪ወ፮ እምዓመተ እስክንድር።	4 ነዚ ናይ ሃይማኖትን ቀኖናን ሥርዓት እስክንድር ብዝነገሠሉ ኣብ መበል 636 ዓመት ብወርኂ ጎዳር ብታሽዓይ መዓልቲ ጸሓፉልና።
፭ ናሁ ይእዜ ሠረቀ ለነ ዮም ዝክሮሙ ክቡር ለአበዊነ ቅዱሳን ቡሩካን ፫፻፲፰ወ፭ኤጲስ ቆጶሳት እለ ተጋብኡ በኒቅያ እሉ እሙንቱ እለ አብርሁ ኵሎ ዓለመ በሃይማኖት ርትዕት። መዝ ፻፱(፻፭)፡፫-፬። ማቴ ፭፡፲፬-፲፮።	5 ናይቶም ኣብ ኒቅያ ዝተኣከቡ ብሃይማኖት ዝጸንዑ ቅዱሳን ኣቦታትና 318 ኤጲስቆጶሳት እቲ ክቡር ዜናኦም እንሆ ሎሚ ንኣና ተፈልጠ። ነዚ ኵሉ ዓለም ብሃይማኖት ዘብርሁ (ዘጽንዑ) ንሳቶም እዮም።መዝ 19(18)፡3-10።ማቴ 5፡14-16።
፮ ወውእቱኬ ሶበ ነግሠ ቈስጠንጢኖስ ንጉሥ ጻድቅ መፍቀሬ እግዚአብሔር ዘመልሐ ሥርወ አምልኮ ጣዖት እምገጸ ምድር ወረሰየ ኵሎ ሰብአ ይትለአክ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	6 እዚ ኸኣ፡ ካብ ኣርባዕተ መዓዝን ኣምልኮተ ጣዖት ሥሩ ነቒሉ ዘጥፍኡ፡ ኵሉ ሰብ ውን ንጉሠይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዘገልግል ዝገበረ ንእግዚኣብሔር ዝፈቱ ጻድቕ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ኣብ ዝነገሠሉ ጊዜ እዩ።
፯ አሜሃ ሖረ አርዮስ ረሲዕ በውእቱ መዋዕል ወጸሐፈ መጽሐፈ ዕልወት እንዘ ይጸርፍ ላዕለ ቡሩክ ለዓለመ ዓለም እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወይቤ እስመ ፍጡር ውእቱ። መዝ ፩፡፩-፯። ፪፻፲፰(፪፻፲፯)፡ሮሜ ፩፡፲፰-፳፭።፱፡፭።	7 ሽዑ እቲ ከሓዲ ኣርዮስ፡ ዘለዓለም ንዝምስገን ንጉሠይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቒፉ ፍጡር እዩ ኢሉ መጽሓፍ ክሕደት ጽሒፉ ናብ ቈስጠንጢኖስ ከደ። መዝ 1፡1-6። 118(117)፡26። ሮሜ 1፡18-25። 9-5።
፰ ወሶበ ሰምዐ ንጉሥ መፍቀሬ እግዚአብሔር ቈስጠንጢኖስ ዘንተ እምአፉሁ ብዙኀ ጊዜያተ ወአእሚሮ ሃይማኖቶ ርትዕተ ለዝንቱ ከሐዲ አርዮስ እንተ ኢትርኅቅ እምክሕደተ ቦርፎሪስ ወአርጌንስ አዘዘ ዝንቱ ንጉሥ በትእዛዘ እግዚአብሔር ይትጋብኡ ኤጲስ ቆጶሳት በእንተ ዘወፅአ ስሙዓተ ክሕደቱ ለዝንቱ ከሐዲ አርዮስ። መዝ ፹፫(፹፪)፡፫-፲፩። ማቴ ፲፰፡፲፩-፳፪።	8 ንእግዚኣብሔር ዝፈቱ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ነዚ ነገርዚ ደጋጊሙ ክዛረብ ካብ ቃሉ ምስ ሰምየ፡ ናይዚ ከሓዲ ኣርዮስ ዝረኸሰት ሃይማኖት ካብ ክሕደት ቦርፎሪስን ኣርጌንስ ዘይትርኅቐ ምኻና ፈሊጡ፡ ክሕደት ናይዚ ከሓዲ ኣርዮስ ገሊሑ ስለዝተሰምዐ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ኤጲስቆጶሳት ንክእከቡ እዚ ንጉሠዚ አዘዘ። መዝ 73(72)፡3-11። ማቴ 18፡15-22።
፱ ወሶበ ሰምዐ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ በጉባኤ ማኅበር ተፈሥሐ ዐቢየ ፍሥሐ ጥቀ ወአዘዘ ንጉሥ ጻድቅ ይኩን ጉባኤ በኒቅያ ሀገር ዐቢይ ዘዕርእ።	9 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ እለእስክንድሮስ ውን ነቲ ኣዋጅ ምስ ሰምዐ ብናይ ሊቃውንት ምእካብ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ጉባኤ ውን ኣብ ናይ ጽርኢ ክፍሊ ዝኾነት ዓባይ ሃገር ኣብ ኒቅያ ይኹን ኢሉ እቲ ንጉሥ ኣዘዘ።

ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፰	ዘሠለስቱ ምዕት ም.18
፲ ወበህየ ተጋብኡ ፫፻፲፰ወ፰ኙ ኤጲስ ቆጶሳት ንጹሐን ለባስያነ ኃይለ እግዚአብሔር።	10 ኃይሊ እግዚአብሔር ዝኃደሮም ካብ ኃጢኣትን ክሕደትን ዝተፈልዩ 318 ኤጲስቆጶሳት ውን ኣብኡ ተኣከቡ።
፲፩ ወአንበሩ ፬ተ መናብርተ በማዕከለ ጉባኤ ፩ መንበር በእንተ አውሳንዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮምያ ወካልእ መንበር በእንተ እለእስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ወሣልስ መንበር በእንተ ሊቀ ጳጳሳት ዘኤፌሶን ወራብዕ መንበር በእንተ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ። መዝ ፻፯(፻፮)፡፫። ፻፳፪(፻፳፩)፡፬-፱። ማቴ ፲፱፡፳፰። ግብ ሐዋ ፳፡፳፰።	11 ኣብ ማእከልቲ ጉባኤውን 4 መናብር ዘርግሑ። እዚኣቶም ድማ ሓደ መንበር ንናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ኣውሳንዮስ (ዮናክንዲኖስ) እዩ፣ ካልኣይ መንበር ንናይ ግብጺ ሊቀ ጳጳሳት እለእስክንድሮስ እዩ፣ ሣልሳይ መንበር ንናይ ኤፌሶን ሊቀ ጳጳሳት ሶል ጴጥሮስ እዩ፣ራብዓይ መንበር ድማ ንናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኤዎስጣቴዎስ እዩ። መዝ107(106)፡3። 122(121)፡4-9። ማቴ 19፡28። ግብ ሐዋ 20፡28።
፲፪ ወቦኡ ጎቤሆሙ ቈስጠንጢኖስ ንጉሥ ወነበረ ማዕከሌሆሙ ዲበ መንበሩ እስመ ዐቢይ ንጉሥ ውእቱ ንጉሠ ምድር።	12 ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ንሳቶም ኣብ ዘለውዎ ኣትዩ ኣብ ማዕከሎም ኣብ ዙፋኑ ተቐመጠ። ከመይ ኣብ ምድሪ ዝነገሠ ዓቢይ ንጉሥ ስለ ዝነበረ።
፲፫ ወሀሎ ምስሌሆሙ ጎቡረ መንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦስ ወአበዊነሂ ቅዱሳን ኤጲስ ቆጶሳት ለባስያነ ጎይለ እግዚአብሔር ጎብሩ በ፩ ስንዕ በጎድኣት ሠናይ ወጎርየት ወጽንዕ እምጎበ እግዚአብሔር እስከ ጸሐፉ ለነ። ግብ ሐዋ ፲፭፡፳፰። ፩ቆሮ ፲፪፡፳-፴፩። ሮሜ ፲፫፡፲፩-፲፫።	13 ዘጽንዕ ዘንጽሕ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣብቲ ጉባኤኦም ነበረ፣ ኃይሊ እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ቅዱሳን ኣቦታትና ኤጲስቆጶሳት ውን ክሳዕቲ ዝጽሕፉልና ብሓደ ስምምዕ ብጽቡቕ ጎድኣት ካብ እግዚኣብሔር ብዝውሃብ ትዕግሥትን ምምራጽን ነበሩ። ግብ ሐዋ 15፡28። 1ይ ቆሮ 12፡28-31። ሮሜ 13፡11-13።
፲፬ እሉ ፫፻፲፰ወ፰ኙ ኤጲስ ቆጶሳት ወሰኑ ለነ ዘንተ ሥርዓተ ሃይማኖት ወዘንተ ቀኖና እንተ ሐዋርያት በእንተ እግዚአብሔር አብ ወወልዱ ፍቅሩ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ወመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ጸራቅሊጦስ አመ ፱ ለወርኃ ጎዳር። ማቴ ፲፩፡፳፭-፳፱። ዮሐ ፭፡፴፩-፵፯። ፩ቆሮ ፲፪፡፩-፫።	14 እዞም 318 ኤጲስቆጶሳት ድማ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ወዱ ፍታዊኡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዘድጎንን ዘጽንዕን ዘንጽሕን መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝገለጸሎም ብወርኂ ጎዳር ታሽዓይ መዓልቲ ነዚ ሥርዓት ሃይማኖት እዚ ከምኡ ኸኣ ትምህርቲ ሓዋርያት ወሰኑልና። ማቴ 11፡25-29። ዮሓ 5፡31-47። 1ይ ቆሮ 12፡1-3።
፲፭ ወዛቲ ይእቲ ሃይማኖት እንተ ሠርዕዋ ይቤሉ ነአምን በአሐዱ አምላክ እግዚ አብሔር አብ አጎዜ ኵሉ ገባሬ ኵሉ ፍጥረት ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።	15 ዝጸሐፍዋን ዝወሰንዋን ሃይማኖት ከኣ እዚኣ እያ። ንኾሉ ብዝገዝእ ዝርኣን ዘይርኣን ኵሉ ፍጥረት ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዚኣብሔር አብ ንአምን።
፲፮ ወነአምን በአሐዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ	16 ካብ አብ ብዝተወልደ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ብወዲ እግዚኣብሔር ብጐይታና

ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፰ ፡፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም.18 ፡19
ዘተወልደ እምአብ ።	ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን ኢና በሉ።
፲፯ ዘውእቱ እምህላዌ አብ አምላክ ዘእምአምላክ ብርሃን ዘእምብርሃን።	17 እዚ ኸኣ ካብ ባህርይ አብ ዝተረኽበ እዩ፡ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምኡ ውን ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን።
፲፰ ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ ዘዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁስ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።	18 ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብጕይትነት ምስ አብ ዝተቖኸለ፡ ኵሉ ብናቱ ቃልነት ዝተፈጥረ፡ አብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ውን እንተኾነ ብዘይካኡ ምንም ዝተፈጥረ ዘየልቦ።
፲፱ ኮነ ብእሴ ወተሰቀለ በእንቲኣነ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት።	19 ሰብ ኮነ፡ ምእንታናን ውን ተሰቓለ ሓመመ ሞተ ተቐብረ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንሥአ።
፳ ወዐርገ በስብሐት ውስተ ሰማያት ወካዕበ ይመጽእ በስብሐት ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ።	20 ብምስጋና ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ንሕያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ውን ብጕይትነት ካልኣይ ክመጽእ እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን ኢና በሉ።
፳፩ ወዘይቤ ሀሎ ዘመን ወመዋዕል እምቅድመ ልደቱ ለወልድ እንዘ ኢሀሎ ውእቱ ወእምዝ ኮነ እምዘኢኮነ አው ዘይቤ እምካልእ አካል አው ዘይቤ እምካልእ ህላዌ አው ዘይቤ ከመ ውእቱ ይትዌለጥ እስመ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ታወግዞሙ።	21 ወልድ ቅድሚ ምውላዱ ንሱ ዘይነበረሉ ዘመን መዓልቲ ነበረ በዚ ኸኣ ከይተፈጥረ ካብ አብ ተረኽበ ዝብል፡ ወይ ድማ ካብ ካልእ ኣካል ወይ ካብ ካልእ ባህርይ ተረኽበ ዝብል፡ ወይ ንሱ ከምዝልወጥ ዝዛረብ፡ እንተሎ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቤተ ክርስቲያን ክብርት እያሞ ተውግዞም እያ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፱	**ምዕራፍ 19**
፩ ወይቤሉ አሐዱ ውእቱ እግዚአብሔር አቡሁ ለቃል ሕያው ጥበብ ወኀይል ህልው ምስለ ገጽ ዘሎቱ ወልድ ፍጹም እምአብ ፍጹም ወአብኒ ውእቱ ወላዴ ወልድ ዋሕድ።	1 ሕያው ጥበብ ኃይሊ ዝኸውን ናይ ኣካላዊ ቃል ኣቦ ብኣካላዊነት ዘሎ፡ ካብ ፍጹም ኣቦ ዝተረኽበ ፍጹም ወዲ ዘለዎ እግዚኣብሔር አብ ሓደ እዩ፡ በሉ። አብ ድማ ንሓደ ወልድ ዝወለደ እዩ።
፪ አሐዱ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል እምፅዱ ባሕቲቱ አብ እግዚአብሔር ቃል ገጹ ወአርአየሁ ለመለኮት ውእቱ ቃል ገባሬ ጥበብ ዘይከሥት ለኵሉ ግብር ገባሬ ኀይል ወገባሬ ኵሉ ፍጡራን። ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ፊልጵ ፪፡፭-፮። ዕብ ፩፡፩-፲፱። ያዕ ፫፡፲፯።	2 ካብ ሓደ አብ ጥራይ ዝተረኽበ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ እዩ፡ እግዚኣብሔር ቃል ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተቖኸሎ እዩ። እቲ ቃል ሥራሑ ንኵሉ ዝገልጽ ጥበብን ኃይልን እዩ። ንኵሎም ፍጡራን ውን ዝፈጠረ እዩ። ዮሓ 1፡1-18። ፊልጵ2፡5-6።ዕብ 1፡1-19።ያዕ 3፡17።

ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 19
፫ ወልድ ዘበአማን እምአብ ዘበአማን ዘኢያስተርኢ እምዘኢያስተርኢ ዘኢይማስን እምዘኢይማስን ዘኢይመውት እምዘኢይመውት ቀዳማዊ እምቀዳማዊ።፩ዮሐ ፭፡፳። ሮሜ ፩፡፳።	3 ካብ ሓቀኛ ናይ ባህርይ አቦ ዝተረኽበ ሓቀኛ ናይ ባህርይ ወዲ እዩ። ካብ ዘይርአ ዝተረኽበ ዘይርአ፡ ካብ ዘይልወጥ ዝተረኽበ ዘይልወጥ፡ ካብ ዘይመውት ዝተረኽበ ዘይመውት፡ ካብ ቀዳማዊ ዝተረኽበ ቀዳማዊ እዩ። 1ይ ዮሓ 5፡20። ሮሜ 1፡20
፬ እግዚአብሔር አብ ዘላዕለ ኵሉ ወውስተ ኵሉ እግዚአብሔር ወልድ ዘላዕለ ኵሉ ወውስተ ኵሉ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ አሐዱ ዘሠረፀ እምአብ ውእቱ ወሀቤ ሕይወት ዘላዕለ ኵሉ ወውስተ ኵሉ ሥሉስ ቅዱስ ፍጹም በ፩ዱ መለኮት እስከ ለዓለም። ዮሐ ፲፬፡፲-፳፫።፲፭ ፳፮። ፩ጴጥ ፩፡፩። ፩ዮሐ ፩፡፫።	4 እግዚአብሔር አብ ልዕሊ ኵሉ ኣብ ኵሉ ውን ብምልአት ዘሎ እዩ። እግዚአብሔር ወልድ ውን ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኣብ ኵሉ ብምልአት ዘሎ እዩ። እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ አብ ዝሠረፀ ሓደ ኣካል እዩ። ሕይወት ድማ ዝዕድል እዩ። ልዕሊ ኵሉ ኣብ ኵሉ ብምልአት ዘሎ እዩ። ሥሉስ ቅዱስ ንዘለዓለም ብሓደ መለኮት ፍጹም እዩ።ዮሓ 14፡8-23 ።15፡26።1ይ ጴጥ 1፡1።1ይዮሓ 1-3።
፭ አሐዱ እግዚአብሔር ወአሐቲ መንግሥት እንተ ኢትትከፈል ወእንተ ኢትትፋለስ ወአልቦ ውስተ ሥላሴ ፍጥረት ወኢምንትኒ ዘተገብረ ይእዜ ሐዲስ ወኢውስቴቶሙ ተቀንዮ። ዮሐ ፲፡፴።	5 እግዚአብሔር ሓደ እዩ፡ ዘይትኽፈልን ዘይትፋለስን መንግሥቲ ውን ሓንቲ እያ። ካብ ሥላሴ ፍጡር ደኃራዊ ዝበሃል ምንም የልቦን። ኣብኡም እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ምግዛእ የልቦን። ዮሓ 10፡30።
፮ ኢሀሎ አብ ዘመነ ዘእንበለ ወልድ ወኢሀሎ ወልድ ዘመነ ዘእንበለ መንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስኒ ኢሀሎ ዘመነ ዘእንበለ አብ ወወልድ አላ ሥሉስ ቅዱስ ህልው በኵሉ አዝማን ወመዋዕል እንዘ ኢይትዌለጥ ወእንዘ ኢይትፋለስ።	6 አብ ካብ ወልድ ተፈልዩ ዝነበረሉ ዘመን የልቦን፡ ወልድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ተፈልዩ ዝነበረሉ ዘመን የልቦን፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ አብን ወልድን ተፈልዩ ዝነበረሉ ዘመን የልቦን። ሥሉስ ቅዱስ ብኵሉን መዓልትን ብግብርን ብስምን ከይተለወጠን ከይተፈልየን ጸኒዑ ዘሎ እዩ እምበር።
፯ እግዚአብሔር አብ ባሕቲቱ ዘአልቦቱ ጥንት ዘቦቱ ወልድ ቀዳማዊ ውእቱሂ ካዕበ ኢይትረከብ ወኢይረክቦ መኑሂ።	7 ጥንቲ ዘይብሉ፡ ቀዳማዊ ወልድ ዘለዎ እግዚአብሔር አብ ጥራይ እዩ።ከምኡ ውን ወልድ ኣይምርመርን እዩ። ማንም መርሚሩ ኣይረኽቦን እዩ።
፰ ኢወለዶ አብ እምድኅረ ዘመን አላ ውእቱ ወልድ ቀዳማዊ ምስሌሁ እምቀዲሙ ዘኢይመውት ውእቱ ፈጣሪ ምስለ አብ ዘኢይመውት ወውእቱ ፈጣሬ ኵሉ ከመ አብ።	8 አብ ድኅሪ ዘመን ኣይወለዶን፡ ንሱ ቀዳማዊ ወልድ ምስ አብ ብቅድምና ዝነበረ እዩ እምበር። ዘይመውት እዩ ምስቲ ዘይመውት አብ ከኣ ፈጣሪ እዩ። ከም አብ ውን ንኵሉ ዝፈጠረ እዩ።
፱ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ ውእቱ ቀዳማዊ እምቀዲሙ ምስለ አብ	9 ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ምስ አብን ወልድን ብቅድምና ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ።

ዘሠለስቱ ምዕት ም.፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም.19
ወወልድ ወፍጹም ውእቱ በኵሉ ግብር ምስለ አብ ወወልድ ። መዝ ፹፫(፹፪)፡፭-፲። ኢሳ ፶፭፡፬። ራእ ዮሐ ፭፪፡፲፫።	ብኵሉ ሥራሑ ውን ምስ አብን ወልድን ሓደ እዩ። መዝ 33(32)፡5-10። ኢሳ 41፡4። ራእ ዮሓ 22፡13።
፲ ዝውእቱ ሕሊና ቅዱስ ጉባኤያዊ ቤተ ክርስቲያናዊ ሐዋርያዊ ። ማቴ ፭፮፡፲፱። ግብ ሐዋ ፱፡፴፭።	10 ጉባኤ ዝቕመሉ፡ ቤተ ክርስቲያን ዝተቖበለቶ፡ ሓዋርያት ዝመሃርዎ ሓቀኛ ትምህርቲ እዚ እዩ። ማቴ 28፡19። ግብ ሓዋ 9፡31
፲፩ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ቅድስት እንተ ሠርዕዋ ወወሰንዋ አበው በሀገረ ኒቅያ ትኩን ብርሃነ ለእለ ኢተምህሩ ከመ ያእምሩ ምንት ምክንያቱ ዘውስተ ክፍላት እንተ ለኵሉ ነገር ይእመኑ ቦቱ። ሕዝ ፫፡፭። ዮሐ ፭፡፴፭። ሮሜ ፲፭፡፬። ፭ቆሮ ፲፬፡፲፱። ፪ተሰሎ ፪፡፲፭። ራእ ዮሐ ፲፡፲ ።	11 ኣሚኖምሉ ጸኒያምሉ ንክነብሩ ዝተነግረ ኮሉ፡ በብክፍሉ ዘሎ ናቱ ምክንያት እንታይ ምኻኑ ንክፈልጡን ንዘይተማህሩ ፍልጠት ንክትከውንን ኣቦታትና ኣብ ኒቅያ ዝወሰንዎ ዝሓገግዎ ቅድስት ሃይማኖት እዚኣ እያ። ሕዝ 3፡1። ዮሓ 20፡31። ሮሜ 15፡4። 1ይ ቆሮ 14፡19። 2ይ ተሰሎ 2፡15። ራእ ዮሓ 10፡10።
፲፪ ወውስቴቱ በእንተ ኤጲስ ቆጶሳት እለ ተአመኑ ቦቱ ውሉልቆሙ ፫፻፲፰ወቱ ወፈድፋደሰ ኮነ ዝንቱ ማኅበር እምኵሉ ምድር። መዝ ፹፬(፹፫)፡፭። ፻፶(፻፵፱)፡፴፪። ማቴ ፲፰፡፲፰ ።	12 ኣብ ውሽጡ ውን ናይ ዝኣመንዎ ኤጲስቆጶሳት ዜና ተጻሒፉ ኣሎ። ቀጽሮም ውን 318 እዩ። እዚ ማኅበርዚ ድማ ካብ ኣርባዕተ መዓዝን ብብዝኒ ተኣኻበ። መዝ. 89(88)፡5።107(106)፡32 ማቴ 18፡18።
፲፫ ወካዕበ አኀዙ ይጽሐፉ ዘንተ ግዘተ ወይቤሉ ናወግዝ ወንረግም ሃይማኖ ቶሙ ርኵስተ ለሰባልዮሳውያን እለ ይብሉ እስመ አብ ውእቱ ወልድ ወውእቱ መንፈስ ቅዱስ ወወልድኒ ካዕበ ውእቱ አብ ወውእቱ መንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስኒ ውእቱ አብ ወውእቱ ወልድ ወይቤሉ ፭ ገጽ ዘሥ ሉስ ቅዱስ ወ፫ቱ አስማት።ገላ ፭፡፳-፱።	13 ከምኡ ድማ ነዚ ግዘትዚ ክጽሕፉ ጀመሩ። ናይ በዓል ሰባልዮስ ርኽስቲ ሃይማኖት ነውግዝን ንረግምን በሉ። ኣብ፡ ወልድ እዩ መንፈስ ቅዱስ ውን እዩ። ወልድ ድማ ኣብ እዩ መንፈስ ቅዱስ ውን እዩ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብ እዩ ወልድ ውን እዩ ኢሎም ናይ ሥላሴ ኣካል ሓደ እዩ፡ ስም ግና ሠለስተ እዩ ዝብሉ ናይ በዓል ሰባልዮስ ዝረኽሰት ሃይማኖት ነውግዝ ኢና በሉ።ገላ 1፡8-9።
፲፬ ወእሉ ሊሉያን ወፍሉጣን እሙንቱ እምሃይማኖትነ።	14 ሓደ ኣካል፡ ሠለስተ ስም ዝብሉ እዚኣቶም ካባና ዝተፈልዩን ካብ ሃይማኖትና ዝወጹን እዮም።
፲፭ ወንሕነሰ ነአምሮ ለአብ ከመ ውእቱ አብ ወለወልድኒ ወልድ ወለመንፈስ ቅዱስ መንፈስ ቅዱስ ፭ መለኮት ወአሐዱ መንግሥት ወአሐዱ ህላዌ ። ዘፍ ፲፰፡፭-፲። ኢሳ ፮፡፭-፱። ማቴ ፲፭፡፳፯። ኤፌ ፬፡፭።	15 ንሕና ግና ንኣብ አብ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና፡ ንወልድ ውን ወልድ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና፡ ንመንፈስ ቅዱስ ውን መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ሓደ ግዝኣት ሓደ መንግሥቲ ሓደ ባህርይ እዮም። ዘፍጥ 18፡1-10። ኢሳ 6፡1-4። ማቴ 11፡27። ኤፌ 4፡5።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 19
፲፭ ወካዕበ ናወግዝ ሃይማኖተ ፎጢኖስ እለ ይቤሉ እስመ ህላዌሁ ለወልድ ለፈ እማርያም ውእቱ ወኢሀሎ እምቅድመ ዝንቱ ወባሕቱ ይቤሉ እስመ ውእቱ ኮነ እማርያም በመለኮት ወለእሉሂ ነአምር ከመ እሙንቱ ፍሉጣን እምሃይማኖት።	16 ናይ ወልድ ምርካብ ካብ ማርያም ንደኃር እዩ፡ ቅድሚኡ ኣይነበረን፡ ብመለኮቱ ካብ ማርያም ንነጀው ዝተረክበ እዩ ናይ ዝብሉ ናይ በዓል ፎጢኖስ ሃይማኖት ዝኃዙ ነውግዞም ኢና። እዚኣቶም ውን ካብ ሃይማኖት ዝተፈልዩ ከምዝኾኑ ንፈልጥ ኢና።
፲፯ ንሕነስ ንብል እስመ ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ ቀዳማዊ በኵሉ አዝማን ወበኵሉ መዋዕል ህልው ምስለ አብ ወውስተ አብ።	17 ንሕናሲ ምስ አብ ዝነበረ ኣብ አብ ውን ህልው ዝኾነ ወዲ እግዚኣብሔር ብኵሉ ዘመኑ መዓልቱ ቀዳማዊ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና።
፲፰ በከመ አቅደሙ ወጸሐፉ አልቦ ዘመን ወመዋዕል እንዘ ኢሀሎ ወልድ ምስለ አብ አላ በኵሉ ዘመን ወመዋዕል እስመ ለአብ ቦቱ ወልድ በኵሉ መዋዕል ወዘመን እስመ ለወልድ ቦቱ አብ ጐር።	18 ሓዋርያት ኣቐዲሞም ከምዝጸሓፉ፡ ወልድ ምስ አብ ዘይነበረሉ ዘመን መዓልቲ የልቦን ብኵሉ ዘመኑ መዓልቱ ነበረ እምበር ንአብ ብኵሉ ዘመኑ መዓልቱ ወዲ ኣለዎ፡ ከመይ ንወልድ ውን ዘይልወጥ አቦ ኣለዎ።
፲፱ ወኢይትከሀል ከመ የሀሉ አብ ዘመነ ዘእንበለ ወልድ ወይሰመይ እምድኅረዝ አበ ዘውእቱ ረባሕ ዳእሙ አብሂ ህልው በኵሉ አዝማን ወወልድሂ ህልው በኵሉ አዝማን። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።፰፡፶፰።፲፬፡፰-፲። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፲፫፡፰።	19 አብ ካብ ወልድ ተፈልዩ ዝነበረሉ ዘመን ነይሩ እዩ፡ ደኃር እዩ አብ ዝተባህለ ክብሉ ኣይግባእን። እዚ ከኣ ምርባሕ እዩ። አብ ብኵሉ ዘመኑ ብኣቦነት ዝነበረ እዩ እምበር፡ ወልድ ውን ብኵሉ ዘመኑ ብወልድነት ዝነበረ እዩ እምበር። ዮሐ 1፡1-18። 8፡58። 14፡8-10። ገላ 4፡4። ዕብ 13፡8።
፳ በከመ አቅደምነ ወንቤ ከመ ውእቱ ኢተገብረ አላ ውእቱ ተወልደ ወውእቱ ቀዳማዊ ምስለ አብ እምቀዲሙ። ም. ፲፯፡፩-፲፱።	20 ንሱ ከምዝተወልደ እምበር ከምዘይተፈጥረ ኣቐዲምና ከምዝተዛረብናዮ ከም አብ ብቅድምና ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ። ም. 17፡1-12።
፳፩ በከመ አቅደሙ ወጸሐፉ በእንተ አብ ወወልድ ወበእንተ መንፈስ ቅዱስሂ ከመዝ ነአምን እስመ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ መንፈሰ እግዚአብሔር መንፈስ ፍጹም ጸራቅሊጦስ ዘኢተገብረ ። መዝ ፴፫(፴፪)፡፮-፯። ሉቃ ፩፡፴፭። ዮሐ ፲፬፡፲፭-፳፫። ሮሜ ፰፡፱-፲፩። ፩ቆሮ ፪፡፲። ፲፪፡፩-፲፪።	21 ሓዋርያት ብዛዕባ አብ ብዛዕባ ወልድ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኣቐዲሞም ከምዝጸሓፍዎ መንፈስ ቅዱስ እስትንፋስ እግዚኣብሔር ዘይተፈጥረ ፍጹም ኣካላዊ እስትንፋስ ከምዝኾነ በዚ ንኣምን። መዝ 33(32)፡5-6። ሉቃ 1፡35። ዮሓ 14፡15-23። ሮሜ 8፡9-11። 1ይ ቆሮ 2፡10። 12፡1-12።
፳፪ ነባቢ በውስተ ሕግ ወነቢያት ወሐዋርያት ወወረደ ላዕለ መድኃኒነ በውስተ ዮርዳኖስ ዘከመ ሥርዓት	22 ሕጊ ዝሠርዐ፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ዝተናገረ፡ ኣብ ሓዋርያት ኃዲሩ ውን ዝመሃረ፡ ወልድ ፍጹም ሰብ ምስ ኾነ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 19
በእንተ ክዋኔሁ ለወልድ በውስተ ሰብእ። ማቴ ፫፥፲፭-፲፯። ፩ጴጥ ፩፥፱-፲፪። ፪ጴጥ ፩፥፳፩።	ኣብ ወንጌል ከምዝተጻሕፈ ኣብ ዮርዳኖስ ርግቢ መሲሉ ኣብ ርእሲ መድኃኒና ዝተቐመጠ ንሱ እዩ። ማቴ 3፥16-17።1ይ ጴጥ 1፥9-12። 2ይ ጴጥ 1፥21።
፳፫ ነአምን ከመዝ እስመ ውእቱ ነሥአ ሥጋ ፍጹም እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ እመንፈስ ቅዱስ ወአኮ እምዘርአ ብእሲ ቦቱ ሥጋ ወነፍስ ዘበአማን ወአኮ በሕሊና። ማቴ ፩፥፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፥፴፭።	23 ወልድ ብዘርኢ ብእሲ ዘይኮነ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ወላዲተ ኣምላኽ እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ፍጹም ሥጋ ከምዝተዋሓደ በዚ ንኣምን። ብዘርኢ ብእሲ ኣይኮነን፣ ብሓቂ ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ እዩ። ሓሲቡ ዝተረፈ ኣይኮነን። ማቴ 1፥18-25። ሉቃ1፥35።
፳፬ ወከመዝ ያድኅን በፍጹም ሰብኣ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት።	24 ከምዚ ኢሉ ሰብ ኮይኑ ንሰብ ፈጺሙ ንኽድኅን ውን ሓመመ ሞተ ተቐብረ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥኣ።
፳፭ ወዐርገ በስብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አቡሁ ከዊኖ አሐደ ምስለ መለኮቱ በአሐዱ ህላዌ ወቦቱ ካዕበ ይመጽእ በስብሐት ይኰንን ሕያዋነ ወሙታን። መዝ ፻፱(፻፱)፥፩። ማቴ ፳፭፥፲፯-፲፱። ግብ ሐዋ ፩፥፱-፲፩።	25 ናብ ሰማይ ዓረገ፣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ማዕረ ኣቦኡ ተቐመጠ። ካልኣይ ውን ንሕያዋንን ምውታንን ኪፈርድ ቦቲ ዝዓረገሉ ብክበበ ትስብእት ኪመጽእ እዩ። መዝ 110(109)፥1። ማቴ 20፥17-19። ግብ ሐዋ 1፥9-11።
፳፮ ወመካናትሂ ዘይዜከር ውስቴቶን ውስተ መጻሕፍት አምላካውያት ጥንተ ወሰን ከመ ውእቱ ተፈጥረ ንረክቦ ለነገር ፍጹመ በእንተ ትስብእቱ እንተ ነሥአ። ኢሳ. ፯፥፲፬። ኤፌ ፬፥፲፫።	26 ኣብቶም ብሓፂር ቁመት ብጸቢብ ደረት ምውሳኑ፣ ዝንገረሎም ኣምላኽ ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ፣ ከምዝተፈጥረ ኣብ ዝነግሩ ኣናቅጽ እቲ ነገር ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ከም ዝተነግረ ፍጹም ኮይኑ ንረኽቦ። ኢሳ. 7፥14። ኤፌ 4፥13።
፳፯ ወካዕበ ናወግዝ ወንረግም ዘኢየአምን በትንሣኤ ሥጋ ወኮሎ ዕልዋነ እለ ኢየአምኑ በዛቲ ሃይማኖት ረገምነ ወአውገዝነ ዘአቅደሙ ወጸሐፉ ሃይማኖተ ርትዕት እንተ አርዮሳውያን። ፩ቆሮ ፭፥፬-፮። ፲፭፥፲፮-፶፬።	27 ካልኣይ ከኣ ናይ ሥጋ ምትንሣእ ንዘይኣምን ነውግዞን ንረግሞን። ነዛ ሃይማኖት እዚኣ ዘይኣምኑዋ መናፍቃን ውን ኣውጊዝናዮምን ረጊምናዮምን ኢና። ነዛ ርኽስቲ ሃይማኖት ኣርዮሳውያን ኒዞም ኣቐዲሞም ዝጸሓፉ ውን ኣውጊዝናዮምን ረጊምናዮምን ኢና። 1ይ ቆሮ. 5፥4-6። 15፥16-54።
፳፰ ንሕነሰ ነአምን ወንብል እስመ ቃል ወልደ እግዚአብሔር ተወልደ ወኢተገብረ ወእሙንቱ ይቤሉ እስመ ወልደ እግዚአብሔር ቃል ፍጡር ውእቱ። ፩ቆሮ ፲፪፥፫።፩ዮሐ ፭፥፱-፳።	28 ንሕናሲ ቃል ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝተወልደ ከምዘይተፈጥረ ኣሚንና ንዛረብ ኣሎና። እዞም መናፍቓን ግና እዚ ኣካላዊ ቃል ወዲ እግዚኣብሔር ፍጡር ከምዝኾነ ተዛረቡ። 1ይ ቆሮ 12፥3። 1ይዮሐ 5፥9-20።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፲፱	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 19
፳፱ ወካዕበ ከመ ንፈጽም ሃይማኖተ እምኮሉ ፍና ነአምን በዝንቱ ወንቤ ነአምን በአሐቲ ጥምቀት ወበትንሣኤ ሥጋ ወበመንግሥተ ሰማያት ወሕይወት ዘለዓለም ወኮነኔ ዘለዓለም። ማቴ ፳፰፡ግ፩-ግ፪። ዮሐ ፭፡፳፯-፳፱። ኤፌ.፬፡፭። ዕብ ፮፡፩-፪። ራእ ዮሐ ፳፡፲፩-፲፭።	29 ዳግማይ ብብዙኅ ወገን ንሃይማኖት ፍጹም ኀኽንብር በዚ ንአምን ኢና፡ ጥምቀት ሓንቲ ከምዝኾነት፡ ትንሣኤ ሥጋ፡ መንግሥተ ሰማያት፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት፡ ናይ ዘለዓለም ኵነኔ፡ ከምዘሎ ንአምን ኢና ንብል ኣሎና። ማቴ. 25፡31-46። ዮሓ 5፡27-29። ኤፌ 4፡5። ዕብ 6፡1-6።ራእ ዮሓ20፡11-15።
፴ ወነአምን በእግዚአብሔር አብ ወበ እግዚአብሔር ወልድ ወበእግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ እስመ አብ ኢይትረከብ ወወልድ ኢይትረከብ ወመንፈስ ቅዱስ ኢይትረከብ ኢይትአመር ወኢይትገመር ወኢያገ ምሮ መካን።	30 ብእግዚአብሔር አብ፡ ብእግዚአብሔር ወልድ፡ ብእግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ንአምን። ከመይ “አብ” ኣይምርመርን እዩ፡ ወልድ ኣይምርመርን እዩ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣይምርመርን እዩ። ኣይፍለጥን እዩ ኣይውሰንን እዩ። ቦታ ውን ኣይውስኖን እዩ።
፴፩ ወወእቱ መንፈሰ እግዚአብሔር ዘበ አማን አኮ በሕሊና ወበሥምረት ተርእየ ወነበበ በነቢያት ወጸድቃን።	31 ናይ እግዚአብሔር ናይ ባህርይ እስትንፋስ እዩ፡ ሓሲቡ ፈትዩ ዝተረፈ ኣይኮነን፡ ብኣምሳል ሓዊ ተራእየ ኣብ ነቢያትን ጻድቃንን ኃዲሩ ውን ተዛረበ።
፴፪ አዳም ወኖኅ ወአብርሃም ወሙሴ ወኢያሱ ወሳሙኤል ወዳዊት ወኢሳይያስ ወኤልያስ ወኤርምያስ ወተረፈ ነቢያት ውእቱ አምላከ ብሉይ ወሐዲስ። ሉቃ ፫፡፳፫-፴፰። ማቴ ፲፫፡፲፯-፶፪።	32 እዚኣቶም ከኣ ኣዳም፡ ኖኅ፡ ኣብርሃም፡ ሙሴ፡ ኢያሱ፡ ሳሙኤል፡ ዳዊት፡ ኢሳይያስ፡ ኤርምያስ፡ ከምኡ ውን ዝተረፉ ነቢያት እዮም። ብሉይን ሓዲስን ዝሠርዐ ኣምላክ ንሱ እዩ። ሉቃ 3-23-38። ማቴ 13-17-52።
፴፫ ወዘይቤሉ መጻሕፍት ከመ ቦ ለእግዚአብሔር አዕይንት ወአዕዛን ወኮሉ ዘተብህለ እለ ተርፉ በእንተ እግዚአብሔር ነአምን ከመ እሙን ወጽድቅ ውእቱ ወባሕቱ ኢይትረከብ ወኢይትሔለይ ወኮሉ ሰብእ ዘበአርአያ እግዚአብሔር ወበአምሳሉ እሙንቱ ተፈጥሩ። መዝ ፴፬(፴፫)፡፲፭-፲፮። ፩ጴጥ ፫፡፲፪። ዳን ፯፡፱-፲። ራእ ዮሐ ፩፡፲፫-፲፮።	33 ንእግዚኣብሔር ኣዕይንትን ኣዕዛንን ከምዘለዎ፡ ከምቲ መጻሕፍቲ ዝብልዎ ካልኦት ዝተረፉ ውን ከምዘለውዎ ኮሉ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ዝተነግረ እሙን ሓቂ ከምዝኾነ ንኣምን ኢና። እንተኾነ ግና ኣይምርመርን፡ ኣይሕሰብን እዩ። ኮሎም ሰባት ብኣርኣያን ኣምሳልን እግዚኣብሔር ዝተፈጥሩ እዮም። መዝ 34(33)፡15-16። 1ይ ጴጥ. 3፡12። ዳን. 7፡9-14። ራእ ዮሓ 1፡13-16።
፴፬ ወዝንቱ ውእቱ ሕይወቶሙ ለደቂቀ ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወፈድፋደሰ ለእለ የኀድሩ ውስቴታ ተጋዳልያን መነኰሳት ወይደልዎሙ ይንግርዎሙ ለደቂቆሙ ይኩኑ ከመዝ ወኢይበሉ ንሕነ ክርስቲያን ወንድኅን።መዝ ፹፰(፹፯)፡፩-፰።ኤፌ ፮፡፩-፭።	34 ንደቂ እታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቤተ ክርስቲያን፡ ኣውራ ኽኣ ነቶም ኣብ ውሽጣ ዝነብሩ ተጋደልቲ መነኮሳት ሕይወቶም እዚ እዩ። ከምዚ ኢሎም ኣሚኖም ንኽነብሩ ንደቆም ክምህሩ ይግብኦም። ነዚ እንተዘይገይሮም ግና ንሕና ክርስቲያን ኢና ክንድኅን ኢና ኣይበሉ። መዝ 78(77)፡1-8። ኤፌ 6፡1-5።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፲፱ ፡፳	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 19 ፡20
፴፭ ወባሕቱ ፈቃዱ ለእግዚአብሔር አምላከ ጸጋ ንኩን ማዕምራነ ቦቱ በልብ ዘሥጋ ወሶበ ነአምሮ ወነአምን ቦቱ ንከውን ደቂቀ እግዚአብሔር ወውሉደ ጥበብ ወመካነ ለምግባረ ሠናያት ወመፍቀርያነ ለኂሩት ወጸላእያነ ለእከይ ወቀናእያነ ለግብሩ ከመዝ።	35 እንተኾነ ግና ጸጋ ዝዕድል ፍቅድ እቲ እግዚአብሔር ፍቅድ በታ ናይ ሥጋ ሕይወት ዝኾነት ነፍሲ ፈላጣት ኃኽንከውን እዩ። ፈሊጥና እንተ ኣመንናዮ ድማ ደቂ እግዚአብሔር፡ መጎደሪ ሠናይ ተግባር፡ ጽቡቕ እንፈቱ ኽፉእ እንጸልእ ከምኡ ውን ንሕጉ ቀናኣት ኃኸውን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፳ ክፍል ፫	**ምዕራፍ 20 ክፍሊ 3**
፩ ለዛቲ ሃይማኖት እመ ፈቀድከ ከመ ትኩን ላቲ ድልወ ኦ ፍቁርየ ተደለው ከመ ትዕቀብ ዘንተ መቅድመ ኵሉ አፍቅሮ ለእግዚአብሔር አምላክከ በኵሉ ልብከ ወበኵሉ ነፍስከ ። ማር ፲፪፡፳፯-፴፩። ዘሌዋ ፲፱፡፲፰።	1 ነዛ ሃይማኖት እዚኣ ብቑዕ ኮይንካ ክትርከብ እንተ ደሊኻ ኦ ፈታውየይ ነዚ ኃኽትሕሉ ተዳሎ። ቅድሚ ኹሉ ንፈጣሪኻ እግዚአብሔር ብፍጹም ልብኻ ብፍጹም ነፍሰኻ ሕሊናኻ ኣፍቅሮ፡ ንብጻይካ ውን ከም ነፍሰኻ ጌርካ ኣፍቅሮ። ማር 12፡28-31። ዘሌዋ 19፡18።
፪ ኢትቅትል ወኢትሑር ጎበ ብእሲተ ብእሲ ወኢትዘሙ ወኢታማስን ሕፃነ ኢትኩን መሠርየ ወኢትስርቅ ወኢትኩን ስምዓ በሐሰት ወኢትስሐት ። ዘፀኣ ፳፡፲፫-፲፯። ማቴ ፭፡፳፯-፴፪። ያዕ ፪፡፪-፲፪። ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፭።	2 ነፍሲ ኣይትቕተል፡ ናብ ሰበይቲ ሰብኣይ ኣይትኺድ፡ ኣይትዘሙ፡ ፅንሲ ኣይትስደድ፡ መሠርይ ኣይትኹን፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር ኣይትበድል። ዘፀኣ 20፡13-18። ማቴ 5፡21-48። ያዕ 2፡2-12። ራእ ዮሓ 22፡15።
፫ ተዐቀብ እምነ ማውታ ወሕኑቅ በደም። ዘፍ ፱፡፬። ዘሌዋ ፫፡፲፯። ግብ ሐዋ ፲፭፡፳።	3 ከይተኸስተነ ንዝሞተ ካብ ምብላዕ ተኸልከል፡ ብመጻወድያ ተሓኒቑ ዝሞተ ውን ኣይትብላዕ። ዘፍጥ 9፡4። ዘሌዋ 3፡17። ግብ ሓዋ 15፡20።
፬ ነጽር ወዑቅ ኢያስሕትከ መኑሂ ከመ ትትገሀሥ እምዛቲ ሃይማኖት ወእመ አኮሰ ትከውን ፍሉጠ እምእግዚአብሔር ። ማቴ ፯፡፲፭። ቈላ ፪፡፯-፱።	4 ካብዛ ሃይማኖት እዚኣ ንኽትወጽእ ማንም ሰብ ከየስሕተካ ፍለጥ፡ኣስተውዕል። ብዘይ እዚ ግና ካብ እግዚአብሔር ዝተፈሸኻ ክትከውን ኢኻ። ማቴ 7፡15። ቈላ 2፡7-9።
፭ ወእላ እማንቱ ኃጣውኢ ክሡታት ንኡሳት ትእዛዛት ወንሕነሰ ንትናገር በእንቲአሆሙ።	5 ዝተፈልጡ ኃጣውኢ እዚኣቶም እዮም፡ ዘይተፈልጡ ናኣሽቱ ትእዛዛት ውን ኣለዉ። ንሕና ውን ንእኣም ክንዛረብ ኢና።
፮ መቅድመ ኵሉ ይርኅቁ ጻድቃን ወመነኰሳት እምአንስት ወኢይቅረቡ ጎቤሆን ወኢይትናገሩ ምስሌሆን ወይርኅቁ እምኔሆን ከመ	6 ወጣንያን ኮኑ ፍጹማን መነኮሳት ካብ ኣንስቲ ይርኃቑ፡ ናብኣን ውን ኣይቕረቡ። ምስኣተን ውን ኣይዛረቡ ዝኾነ ንከይምልሱለን ፈጺሞም ካብኣን ይርኃቑ።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷

ኢያውሥእዎን ምንተኒ ግሙራ። ማቴ ፲፱፥፲፪። ፩ቆሮ ፯፥፴፪-፴።

፯ ወፈድፋደሰ ገሀደ ይረስዩ ኮሎ ጻሕቆሙ ከመ ኢይነጽርዎን ወከመ ኢይኩኖሙ ኃጕል በዝንቱ እስመ እምርእየ ዓይን ይዜሙ ልብ። ዘፀአ ፷፥፲፬። ኢዮ ፴፩፥፩። ማቴ ፭፥፷፯-፴፩። ፪ ጴጥ ፪፥፲፬።

፰ ተዐቀብ ከመ ኢትኩን ዘፀኤ ነገሩ ወኢዘፀኤ ግዕዙ ከመ ኢተሐሱ ወኢትኩን መስተዋድየ ወኢዘፀኤ ልሳኑ።

፱ ወኢታንሶሱ እንበለ ዳእሙ በተዐቅቦ ወኢታንዛሕልል ወኢትኩን ዘእንበለ ኃፍረት ወኢዘያደሉ ለገጽ ወኢትኩን ነባቤ እኩይ።

፲ ወኢትጽአል ወኢትትናገር ነገረ ሥላቅ ወኢትርግም ወኢትምሐል ግሙራ አላ ይኩን ቃልከ እመኒ እወ እወ ወእመኒ አልቦ አልቦ። ምሳ ፳፬፥፳፩-፳፪። ማቴ ፭፥፴፫-፴፯። ሮሜ ፲፪፥፲-፳፩። ያዕ ፭፥፲። ፫፥፫-፲።

፲፩ ወሶበ ያጌብሩከ በል አእምር እስመ ጽድቀ እቤለከ ወኢይኄሱ ወስሞሰ ለዘታመልክ ኢትዝክር በመሐላ ወኢትዝክር ካልአ መሐላ በከመ ይቤ ቅዱስ ወንጌል ወዝንቱ ኮሉ ስሕተት ውእቱ ወኢይደሉ ገቢሮቱ ወኢያስተፈሥሕ አላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ታወፅአሙ ወቦ እምኔሆሙ ዘትቀትሎሙ። ዘፀ. ፪፥፯። ዘሌዋ ፲፱፥፲፪። ማቴ ፭፥፴፫-፴፯። ያዕ ፭፥፲፪።።

፲፪ ወዓዲ ተዐቀብ ከመ ኢትትዐረቅ እምልብስከ ቅድመ መኑሂ ዘእንበለ ዳዕሙ ሶበ ይረክበከ ምክንያት ለተዐርቆ ። ራእ ዮሐ ፲፮፥፲፭።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. 20

ማቴ 19፥12። 1ይ ቆሮ 7፥32-40።

7 ብዝያዳ ኸኣ ንኮሉ ትግሃቶም ብግልጺ ከም ዘየርእይወን ይግበሩ፡ እንተተራእዩ ያር ዝሙት ምእንቲ ከየላዕለሎም እዩ። ከመይ ካብ ዓይኒ ምርኣይ ዝተላዕለ ልቢ ስለ ዝሓስብ እዩ። ዘፀ. 20፥14።ኢዮ 31፥1 ። ማቴ 5፥27-31። 2ይ ጴጥ 2፥14።

8 ከምቲ ነገሩ ክልተ ወይ ግብሩ ክልተ ከምዝኾነ ሰብ ኃኺይትኸውን ተጠንቀቐ። ሓሳዊ ንከይትበሃል፡ ኣላዓሊ ነገር መልክዐኛ ከይትኸውን፡ 2ተ ነገራት ዝዛረብ ከይትኸውን ተሓሉ።

9 ተዓቀቦ ዘይብሉ ኣካይዳ ኣይትኺድ፡ ሃውታትያ ኣይትኹን፡ ዘይኃፍር ደፋር ኣይትኹን፡ ገጽ ርኢኻ ኣይተዳሉ፡ ኣይትኹን፡ ክፉእ ኣይትዛረብ።

10 ኣይትጻረፍ፡ ዋዛ ፈዛዛ ኣይትዛረብ፡ ኣይትራገም፡ ፈጺምካ ውን ኣይትምሓል ነገርካ እቲ ሓቂ ሓቂ እቲ ሓሶት ከኣ ሓሶት ይኹን። ምሳ 24፥21-25። ማቴ 5፥33-38። ሮሜ 12፥1-21። ያዕ 1፥8። 3፥3-10።

11 ብግዲ ተዛረብ እንተ በሉኻ፡ ሓቂ ከምዝነግረካ እምበር ሓሶት ከም ዘይዛረብ ፍለጥ በል። ስም ፈጣሪኻ ግና ብመሓላ ኣይተልዕል፡ ብኻልእ መሓላ ውን ኣይትምሓል፡ ከምቲ ቅዱስ ወንጌል ዝበሎ እዚ ኮሉ ስሕተት እዩ። ክገብርዎ ኣይግባእን፡ደስ ዘብል ውን ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ደኣ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ትፈልዮም እምበር ካብኣቶም ውን ብውግዘት እትፈልዮም ኣለዉ። ዘፀአ 20፥7። ዘሌዋ 19፥12። ማቴ 5፥33-38። ያዕ 5-12።

12 ከምኡ ውን ዕራቕካ ትኾነሉ ምክንያት እንተ ዘይተረኸበካ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ብዘይክዳንካ ዕራቕካ ከይትኸውን ተጠንቀቐ። ራእ ዮሓ 16፥15።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 20
፲፫ ኢትበሎ ለእጉከ ዘጸርቅ ወኢአብድ ወኢትደመር ምስለ አሕዛብ በበዓ ላቲሆሙ ወኢትትዐቀብ ዕለተ ሰንበት ከመ አይሁድ። ዘሌዋ ፲፱፡፲፮-፲፯። ማቴ ፭፡፳፪። ቁላ ፪፡፲፮-፲፯።	13 ንኃውኻ ጨርቃም ደንቆሮ ኣይትበል፡ ምስ ኣሕዛብ ኣብ በዓሎም ኣይትጸምበር፡ ንቀዳሚት ሰንበት ከም ክርስቲያን እምበር ከም ልማድ ኣይሁድ ከኽብር እየ ኣይትበል። ዘሌዋ 19፡16-17። ማቴ 5፡22። ቁላ 2፡16-17።
፲፬ ወኢትኩን መሰግለ ወኢመሠርየ ወኢትጎድግ መኑሂ ይግበር ለከ ዘንተ በደዌከ አመ ይረክበከ ሕማም አው ንስኽት አው ዝብጠት።	14 ጠንቋሊ፡ኰዓቲ ሡር ቀንጣቢ ቈጽሊ ኣይትኹን። ምስ ሓመምካ ወይ ኣራዊት ምስ ናሽሰካ ወይ ወቕዒ ሓሚምካ ከሎኻ ማንም ነዚ ክገብረልካ ኣይትድለ።
፲፭ ኢትሑር ኀበ ረቃይያን ይርቅዩ ለከ ወኢይግበሩ ለከ ኵርበታተ ወኢበዘይትሐፀቡ ቦቱ ወአንተሂ ኢትግበሮሙ። ዘጎል ፳፪፡፯-፴፩። ፳፫፡፭። ማቴ ፳፫፡፭። ግብ ሐዋ ፰፡፲፰-፳፭። ፲፫፡፮-፲፪። ፲፱፡፲፩-፲፰።	15 ስም ኣጋንንቲ እናጸውዑ ናብ ዝነጽጉ ሰባት ኣይትኺድ፡ ደጊሞም ክነጽጉኻ ክታብ ጽሒፍኩም ሃቡኒ ኣይትበል፡ ነቲ ቈጽሊ ኣሊኾም ዝሕጸብሉ ብእኡ ሕጸቡኒ ኣይትበል። ንኣኻ ኮነ ንካልኦት ውን ንሰኻ ኣይትግበሮም። ዘጎል 22፡7-41። 23፡1-30። ማቴ 23፡5። ግብ ሐዋ 8፡18-25። 13፡6-12። 19፡11-18።
፲፮ ወለሥጋከሂ ዕቀቦ እምኵሉ እኩይ ወእምኵሉ ርኵስ ኢትጎድግ ብእሲተ ትባእ ኀቤከ ከመ ሰብእ እለ ይሬስይዎን አዕርክተ ወድጎረ ይትረከባ ጸላእተ። ፩ቆሮ ፮፡፩። ማቴ ፭፡፳፰-፳፱።	16 ንሰብነትካ ካብ ክፉእ ሥራሕን ካብ ኵሉ ርኹስ ነገርን ሓልዎ። ሰበይቲ ናብካ ክትኣቱ ኣይተፍቅድ፡ ኣቐዲሞም ፈተውቲ ምስ ገበርወን ደኃር ጸላእቲ ኮይነን ስለዝርከባ እዩ። 1ይ ቆሮ 7፡1። ማቴ 5፡26-27።
፲፯ ወኢትትቀየም ብእሴ እስመ ዘያነብር ቂመ ውስተ ልቡ ላዕለ ሰብእ ኢትትዌከፍ ጸሎቱ ቅድመ እግዚአብሔር ወኢትጸሊ ምስለ አርሲሳን ዘውእቶሙ ዐላውያን ወኢምስለ አሕዛብ። መዝ ፬፡፬። ፴፯(፴፮)፡፰-፲፯። ማቴ ፭፡፭-፲፪። ሮሜ ፲፪፡፲፱-፳፩። ኤፌ ፬፡፳፮-፳፯።	17 ኣብ ሰብ ቂም ኣይትኃዝ፡ ከመይ ኣብ ልቡ ቂም ዘጎድር ሰብ ጸሎቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣይበጽሕን እዩ። ምስቶም መናፍቓን ዝኾኑ ኣርሲሳን ኣይትጸሊ፡ ምስ ኣሕዛብ ውን እንተኾነ ኣይትጸሊ ። መዝ 4፡4። 36(37)፡8-17። ማቴ 5፡5-12። ሮሜ 12፡19-21። ኤፌ 4፡26-27።
፲፰ ወኢትትዐደው ጾመ ዘእግዚአብሔር ዘውእቶሙ ረቡዕ ወዓርብ ዘእንበለ ይርከብከ ደዌ ክቡድ ወዘእንበለ መዋዕለ ጸንጠቆስጤ ወበዓለ ልደት ወበመዋዕለ አስተርእዮ ዘውእቱ ኤጲፋንያ።	18 ጐይታ ዝኣዘዞ ጾም ኣይትሥዓር። እዚኣቶም ድማ ረቡዕን ዓርብን እዮም። ሓሚምካ እንተዘይኮይኑ ከምኡ ውን በዓለ ኃምሳ፡ ልደት፡ ጥምቀት ማለት ኤጲፋንያ ኣብ ዝወዓለሉ ዕለታት (ረቡዕን ዓርብን) እንተዘይኮይኑ እዩ።
፲፱ ወጾምሰ ዘአርብዓ ቅድስት እንተ ቤተ ክርስቲያን ወዘሰቡዓ ፋሲካ ዕቀብ ጾሞሙ በተዐቅቦ ብዙኀ።	19 ምእመናን ዝጾምዎም ጾመ ኣርብዓ(ዓቢይ ጾም) ከምኡ ውን ቅድሚ ፋሲካ ዘለዉ 7ተ ዕለታት(ሰሙነ ሕማማት) ብፍጹም ጥንቃቐ ጹም።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 20
ኢዩ ፪፡፲፪-፲፰። ኢሳ ፵፱፡፰።ማቴ ፬፡፩-፲፩። ፭፡፮።፱፡፲፬-፲፰። ዮሐ ፲፩፡፵። ፲፱፡፴፩-፵፪። ፪ቆሮ ፮፡፩-፲፩። ፩ዮሐ ፪፡፭-፯።	ኢዩ 2፡12-18። ኢሳ 49፡8።ማቴ 4፡1-11።5፡6። 9፡14-18። ዮሐ 11፡50። 19፡31-42። 2ይ ቆሮ 6፡1-11። 1ይ ዮሐ 2፡5-7።
፷ ወሶበ ይሔውጸከ እጉ በመዋዕለ ጾምከ ዘትጸውም አንተ ለአጻምዎ ሥጋከ ብላዕ ምስሌሁ በፍቅር ወበሠናይ ሕሊና እንተ ታሠምሮ ለእግዚአብሔር ወአኮ ዘንብለከ በዝንቱ ከመ ትብላዕ በመዋዕለ ጾመ እግዚእ ዘውእቶሙ ረቡዕ ወዓርብን ወ፶ዓ መዋዕል አላ ንብለከ በመዋዕለ ጾም ዘትጸውም አንተ በፈቃደ ርእስከ ባሕቲትከ ዘውእቱ ዕለተ ሰኑይ ወሠሉስ ወኃሙስ ። ዳን ፲፡፪-፫። ማቴ ፮፡፲፮-፲፰።	20 ንሰኻ ሰብኣትካ ንምድኻም ኣብ ትጾመሉ ዕለታት፡ ኃውኻ ክበጽሓካ እንተ መጸ ንእግዚኣብሔር ብዘሐጉስ ሠናይ ሓሳብ ብፍቕሪ ኮይንካ ምስኡ ተመገብ። ነዚ ዝበልናካ ግና ናይ ጐይታ ጾም ኣብ ዝኾነሉ ዕለት ማለት ረቡዕን ዓርብን፡ ዓቢይ ጾም ክትበልዕ ማለት ኣይኮነን። ኣብቲ ብፍቓድ ርእሽካ በይንኻ ብእትጾመሉ መዓልቲ ማለት ሰኑይ ሠሉስ ኃሙስ ኢና ዝበልናካ።ዳን 10፡2-3።ማቴ6፡16-18።
፷፩ ወበዕለተ ሰንበት ኢመፍትው ቦቱ ወአኮ ጸዊም ግብር ሠናይ በዕለተ ሰንበት እስከ ዕርበተ ፀሓይ አላ ጊዜ ዘይደሉ እስከ ፮ ሰዓት ወእመ አኮሰ እስከ ፯ቱ ሰዓት።	21 ቀዳም ግና ምጾም ኣይግባእን እዩ። ቀዳም ፀሓይ ክሳዕ ትዓርብ ምጾም ዝግባእ ሥራሕ ኣይኮነን። ዝግብኣሉ ጊዜ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ክሳዕ ሰዓት 6 (12) እንተ ዘይኮይኑ ውን ክሳዕ ሰዓት 7 (1)።
፷፪ ወበጽባሕ ዕለተ እሑድ አሌሊ ገይሠ ጎበ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት በጽባሕ ጥቀ ወኢትነጽር ለፌ ወለፌ በአንጎግዎ ሕሊና ወቁም በጊዜ ቅዳሴ ንጹሕ በፍርሃት ዐቢይ ወበሕማመ ልብ ወልቡና። መዝ ፷፫(፷፪)፡፭-፱። ሉቃ ፳፬፡፩-፱። ራእ ዮሐ ፩፡፱-፲።	22 ንግሆ እሑድ ሰንበት ኣንጊህካ ለይቲ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኪድ፡ ክትከይድ ከለኻ ግና ልብኻ ብምብኻን ናብዝን ናብትን ኣይትርአ። ብጊዜ ቅዳሴ ውን ሕማሙን ሞቱን ትንሣኤኡን እናሓሰብካ ነጺሕካ ብፍጹም ፍርሃት ቁም። መዝ 63(62)፡1-4። ሉቃ 24፡1-40። ራእ ዮሓ 1፡9-10።
፷፫ ወጾምሰ ዘረቡዕ ወዐርብ ይኩን እስከ ጊዜ ተስዐቱ ሰዓት ዘመዓልት ወፈድፋደሰ እም ዝንቱ ረባሕ ውእቱ ለነፍስከ ኢትፃእ እም ቤተ ክርስቲያን እስከ ይትፈጸም ጸሎተ ጎትመት ዘእንበለ ምክንያተ ሕማም ወእመ አኮ ምክንያተ ፍኖት።መዝ ፷፱(፷፰)፡፲-፲፩ ።፻፱(፻፯)፡፷፬። ዳን ፩፡፰-፲፩። ግብ ሐዋ ፲፬፡፷፫።	23 ጾም ናይ ረቡዕን ዓርብን ክሳዕ ሰዓት 9(3) ይኹን፡ ካብዚ ንላዕሊ እንተ ጾምካ ግና ንነፍሽካ ጥቕሚ ይኸነካ እዩ። ሓሚምካ ወይ ሃንደበታዊ መንገዲ ኣጋጢምካ እንተ ዘይኮይኑ እምበር ናይ መሰናበቲ ጸሎት እተዉ ብሰላም ተባሂሉ ክሳዕ ዝፍጸም ካብ ቤተ ክርስቲያን ኣይትውፃእ። መዝ 69(68) ፡10-11።109(108)፡24። ዳን 1፡8-15። ግብ ሓዋ 14፡23።
፷፬ ወለእመ ይትከሀለከ ትጹም በበሰኑይ ዕለታት ወትጸንዕ በዝንቱ ይኩን ጾምከ በትሕትና ወኢይትዐበይ ልብከ። ኢሳ ፶፰፡፫-፲፩።	24 በብክልተ መዓልቲ ምጾም እንተ ኽኢልካ፡ በዚ ኸኣ እንተ ጸናዕካ ጾምካ ብትሕትና ይኹን ብልብኻ ኣይትተዓበ። ኢሳ 58፡3-11።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፳	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 20
፳፭ እስመ ትዕቢት ዘእምዘርአ ሰይጣን ውእቱ ወበእንቲአሁ ወድቀ ሰይጣን እምሰማይ ወቦቱ ያሠግር ኵሎ ደቂቀ ዕንለ እመሕያው በመሣግሪሁ። ወይፈቅድ ይስሐቦሙ ውስተ ገሃነም። ዘፍ ፫፡፩-፲፭። ሕዝ ፳፰፡፲፪-፲፰። ኢዮ ፩፡፯-፳፪።፪፡፩-፲። ሉቃ ፲፡፲፰። ራእ ዮሐ ፲፪፡፫-፲፪።	25 ከመይ ትዕቢት ሰይጣን ዘሳስዮ ኮናት እዩ፡ ብእኡ እዩ ሰይጣን ካብ ልዑል መዓ ርጉ ዝተዋረደ እሞ ብናይ ትዕቢቱ መፃወድያ ንኮሎም ደቂ ሰባት የፃውደሎም። ከምኡ ናብ ገሃነም ንከውርዶም ውን ይፈቅድ። ዘፍ 3፡1-15። ሕዝ 28፡12-18። ኢዮ 1፡7-22። 2፡1-10።ሉቃ 10፡18።ራእ ዮሓ 12፡3-12።
፳፮ ኢያስሕትከ መኑሂ ትጹም በመዋዕለ እሑድ ቅድስት ግሙራ ወኢይትስግድ ባቲ ወኢበመኃትዊሃ ዓዲ ኢትስግድ በመዋዕለ ጸንጠቈስጤ ቅድስት ወኢእምድኅረ ተመጠውከ ምሥጢራተ ቅድሳት ኵሎ አሚረ አመ ይከውን ቦቱ ቅዳሴ እስመ ዝንቱ ምግባር ኢኮነ እምሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን።	26 ብክብርቲ ዕለተ እሑድ ንክትጸውም ማንም ኣየስሕትካ፡ ኣይትስገድ ውን። ብድሮ ቀዳም ኾነ ብዝኸበረት በዓላት ፋሲካ (በዓለ ኃምሳ) ኣይትስገድ። ቅዳሴ ኣብ ዝቐደሰሉ ጊዜ ውን ሥጋኡን ደሙን ምስ ተቐበልካ ኣይትስገድ፡ ከመይ እዚ ሥራሕ'ዚ ካብ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ዝተረኽበ ኣይኮነን።
፳፯ ወኢትጹም በመዋዕለ ሰናብት ዘከመ ኵሎን መዋዕል ዘእንበለ አሐቲ ዕለተ ሰንበት እንተ ትከውን በመኃትወ ፋሲካ ዘመድኃኒት አመ ሀሎ እግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውስተ መቃብር።	27 ብዘይካ እታ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስኩብ ኣብ መቓብር ኮይኑ ዝኃደረላን ድኅነት ዝተገብረላን ድሮ ፋሲካ ዘላ ሓንቲ ቀዳም (ቀዳም ሥዑር) እንተዘይኮይና ብዕለት ሰንበት (ቀዳም) ውን ከም ካልኦት ዕለታት ኣይትጹም።
፳፰ ኢያስሕትከ ልበከ ዕልውቱ ለመርቅያን ዘይጸውም በዕለተ ሰንበት ወበእሑድ ወኢትትሀከይ በጊዜ ቅዳሴያት ወረሲ ርእሰከ ድልወ ለምሥጢር ቅዱስ ከመ ኢትትመጠው እምኔሁ እንዘ ኢኮንከ ድልወ ከመ ኢይኩን ላዕሌከ ኵነኔ ዐቢይ። ዘጸኢ. ፳፡፰-፲፩።ኢሳ፶፰፡፲-፲፬።ኤር ፲፯፡፳፩-፳፫። ማቴ ፳፯፡፷፪-፷፯። ዮሓ ፮፡፳፯-፷፫። ፩ቆሮ ፲፡፲፩-፲፮። ፲፩፡፳፫-፴፩።	28 ክህደት ናይቲ ቀዳምን ሰንበትን ዝጸውም መርቅያን ልብኻ ኣየስሕቶ፡ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ሸለል ኣይትበል፡ ሰብነትካ ነቲ ክቡር ሥጋኡን ደሙን ዝበቅዕ ግበሮ፡ ጽኑዕ ፍዳ ምእንቲ ከይፍረደካ ብቑዕ ምስ ዘይትኸውን ካብኡ ከይትቕበል። ዘፀኣ 20፡8-11።ኢሳ 58፡10-14። ኤር 17፡21-23። ማቴ 27፡62-67። ዮሓ 6፡27-63። 1ይ ቆሮ 10፡15-18። 11፡23-31።
፳፱ ወኢትትሐከይ ሐዊበ እግረ አኃው ሶበ መጽኡ ኀቤከ እስመ በእንተ ዛቲ ትእዛዝ ይትሐሠሥሙ ለእለ ያጸርእዋ ለዛቲ ግብር ወለእመ ኮኑ ኤጲስ ቆጶሳት እስመ እግዚአብሔር ሐፀበ እግረ አርዳኢሁ ቅድመ አዘዘሙ ይግበሩ ከማሁ። ዮሐ ፲፫፡፭-፲፯። ፩ጢሞ ፭፡፱-፲።	29 ኣኀዋት ናባኻ ምስ ዝመጹ እግሮም ንምሕፃብ ሸለል ኣይትበል፡ ከመይ ነዛ ሥራሕ እዚኣ ሸለል ንዝበልዋ ትእዛዝ ሥላሴ ብፍዳ ክምርምሮም እዩ። ዋላ ውን ኤጲስቆጶሳት እንተኾኑ ከመይ እግዚአብሔር ኣቑዲሙ እግሪ ደቀ መዛሙርቱ ሓፂቡ ከምኡ ንኽገብሩ ኣዚዝዎም እዩ። ዮሓ 13፡1-17። 1ይ ጢሞ 5፡9-10።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፡ ፷፭	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 20፡ 21
ምዕራፍ ፷፭	**ምዕራፍ 21**
፭ ኢትኩን መፍቀሬ ንዋይ ወብሩር ወኢትፍቱ ከመ ታጥሪ ወርቀ ወብሩረ ዘእንበለ በአምጣነ ዘየአክል ለሕይወትከ ወለሲሳይከ ወለአራዝከ በዐቅም እስመ መፍቀርያነ ንዋይ ኢይትከሀሎሙ ያሥምርዎ ለእግዚአብሔር። ዘፍጥ ፷፰፡፷። ምሳ ፴፡፰-፱። ማቴ ፮፡፲፭። ፩ጢሞ ፮፡፰-፲፩።	1 ፈታው ገንዘብ ኣይትኹን።ወርቂ ብሩር ክትእክብ ኣይትፍቶ፥ ንናብራኻ ንሽዳንካ ንመግብኻ ዝኣክል ብመጠኑ ይኹን እምበር ኣይትኣክብ። ከመይ ፈተውቲ ገንዘብ ንእግዚኣብሔር ደስ ከብልዎ ኣይክኣሎምን እዩ። ዘፍጥ 28፡20። ምሳ 30፡8-9። ማቴ 6፡11። 1ይ ጢሞ 6፡8-21።
፮ ነጽር ወተዓቀብ ከመ ኢትንግድ ግሙራ ዳዕሙ ሀለዋ ብዙኃት አህጉር እለ አልቦን ምድር ለዘርዕ ወኢገራህት ወእለ የኃድርዎን ያጌብሮሙ ከመ ይንግዱ በእንተ ሕይወቶሙ እመሰ ኢኮኑ መነኰሳተ አልቦሙ ነውር ወባሕቱ ኢይንሥኡ ርዴ።	2 ፈጺምካ ንግዲ ከይትነግድን ከምዘይተናግድን ፈሊጥካ ተኸልከል። ንዘርኢ ንተኽሊ ዝኸውን ናይ ሕርሻ ምድሪ ዘይብሎም ብዙኃት ዓድታት ኣለዉ እሞ ንቁመተ ሥጋ ዝኣክል ይንገዱ የንግዱ በዚ ዝነብሩ ሰባት ብግዲ የድልዮም እዩ። ሓረጣ ደኣ ኣይቀበሉ እምበር መነኮሳት እንተ ዘይከይኖም እንተነገዱ እንተኣንገዱ ኣየንቅፎምን እዩ።
፯ ወእመሰ መነኰሳት እሙንቱ ወይነግዱ አኀሥሩ አርአያ ቅዱሰ ዘነሥእዎ በእንተ ረበሐ ኃሣር።	3 መነኮሳት ኮይኖም እንተ ነገዱ ግና ነቲ ብመከራ ዝርከብ ክብሪ ንክረኽቡ ዝተቐበልዎ ነቲ ዝተቀደሰ መዓርጎም ኣዋረዱ እዩ።
፰ ወሶበሰ ለሰብአ ዓለም ያነውሮሙ እመ ነገዱ እፎመ ነውረ ይከውኖ ለመነኰስ ሶበ ይነግድ ወሶበሰ ለሰብአ ዓለም ያጌብሮሙ ይንግዱ ውስተ መካን በዘአልቦ ውስቴቱ ዘርእ ወኢገራህት ሠናይ ወባሕቱ ኢይንሥኡ ርዴ በከመ አቅደምነ ወንቤ። መዝ ፻፭(፻፬)፡ ፩-፭። ፷፬(፷፫)፫-፭። ማቴ ፲፱-፳። ሉቃ ፱፡፯-፮።	4 ዓለማውያን ሰባት እንተነገዱ ዘንቅፎም ካብ ኮነ ደኣ መነኮስ እንተነገደን እንተ ኣንገደን ክንደይ ዘየንቅፍ፡ ዘርኢ ኮነ ተኽሊ ኣብ ዘይብሉ ሃገር ዝነብሩ ዓለማውያን ሰባት ግና ተገዲዶም ይነግዱ። ኣቐዲምና ከምዝተዛረብናዮ ውን ሓረጣ ኣይቀበሉ። መዝ 15(14)፡1-5። 24(23)፡3-5። ማቴ 19፡20። ሉቃ 9፡60-62።
፱ ኢትፍቱ ወኢምንተኒ ዘተአምር ዘይከውነከ ቦቱ ሕፀፅ አፍቅር ኵሎ ሰብአ ወይኩኑ ኵሎሙ ሰብእ በኀቤከ ክቡራነ ፈድፋደ እምርእስከ ኩን ሰላማዌ ምስለ ኵሉ ሰብእ። ፊል ፪፡፩-፭።	5 ጕድለት ዘምጽኣልካ ምኻኑ ንእትፈልጦ ኣይትሥራሕ፡ ንኵሉ ሰብ ኣፍቅር፡ ብኣኻ ኵሎም ሰባት ካብኻ ንላዕሊ ዝኸበሩ ይኹኑ፡ ምስ ኵሉ ሰብ ሰላማዊ ኹን። ፊል 2፡1-5።
፮ ወጸሊ ላዕለ ኵሉ ዘእንበለ ለዐላውያን ለባሕቲቶሙ ወኢለኢምእመናን እመ ብከ ሀብ ለዘአልቦቱ ወለእመ አልብከ	6 ብዘይካ ንመናፍቓንን ንዘይኣምኑን ንኵሉ ጸሊ። እንተለካ ንዘይብሉ ሃብ። ምንም እንተዘይብልካ ግና ዕዳ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
ምንትኒ ኢይከውነከ ነውረ ኩን መሓሬ በልብከ ወፍቱ ከመ ታሠኒ ። ፩ጴጥ ፪፡፩-፬። ሮሜ ፲፪፡፰-፲፩።	ኣይኮነካን እዩ። ብልብኻ ርኅሩኅን ትኃዝንን ኩን፡ ጽቡቕ ንኽትገብር ፍቶ። 1ይ ቆሮ 2፡1-4። ሮሜ 12፡8-11።
፯ እመ ብከ ወሰአለከ ካልእከ ከመ ትለቅሖ ሀቦ ወንሣእ እምኔሁ ህየንቴሁ መጠነ ዘወሀብከ ዘእንበለ ረባሕ ወለእመ ኮነ ሎቱ ፈድፋደ እም ዘኮነ ለከ ኀቤሁ ኢትንሣእ እምእጉከ ርዴ ወኢትኩን መአብሰ በቅድመ እግዚአብሔር። መዝ ፲፭(፲፬)፡፩-፭። ማቴ ፭፡፵፪። ፩ጢሞ ፫፡፫።	7 ገንዘብ ሃልዩካ ፈታዊኻ ኩተለቅሑ እንተ ለመነካ ሃቡ። ትርፊ ከይደለኻ ኸኣ ነቲ ዘለቃሕካዮ ተቐበል፡ ካብቲ ምሳኻ ዝነበረ ንላዕሊ ናቱ እንተ በዝን ካብ ኃውኻ ሓረጣ ኣይትቀበል፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር በደለኛ ኣይትኹን። መዝ 15(14)፡1-5። ማቴ 5፡42። 1ይ ጢሞ 3፡3።
፰ ወለእመ ብከ ፍሬያት አው ወርቅ ወኢፈቀድከ ትንሣእ እምኔሁ ርዴ ወዳዕሙ ሜጥኮ በብዙኅ ፈድፋደ እምዘመጠኑ ትከውን ኅሡረ በቅድመ እግዚአብሔር።	8 እኽሊ ወይ ወርቂ እንተ ደኣ ሃልዩካ ካብኡ ሓረጣ(ወለድ) ክትቕበል እንተ ዘይፈቐኻ ግና ካብ መጠኑ ኣዛይድካ እንተሸጥካዮ ብእግዚኣብሔር ዝተዋረድካ ክትከውን ኢኻ።
፱ እስመ ሶበ ኢነሣእከ ርዴ ነሣእከ እምኔሁ ፫ተ ወ፬ተ ርዴ እስመ ኢይትነባእ እምእግዚአብሔር ምንተኒ እምዘይገብሮ ኵሉ ሰብእ።	9 ሓረጣ (ወለድ) እንተዘይተቐበልካ ካብኡ ግና ብሓደ ሠለስተ ብሓደ ኣርባዕተ ተቐቢልካ ኢኻ እሞ ኵሉ ሰብ ዝሠርሖ ሥራሕ ካብ እግዚኣብሔር ምንም ዝሥወር የልቦን።
፲ ወኩን ትሑተ በኵሉ ግብርከ በእንተ እግዚአብሔር እንዘ ድንጉፅ ወርዑድ አንተ በኵሉ መዋዕለ ሕይወትከ እም ቃለ እግዚአብሔር። ማቴ ፭፬፡፭። ዕብ ፲፪፡፭፭። ራእ ዮሐ ፫፡፪-፬።	10 በቲ እግዚኣብሔር ዝተዛረቦ ቃል መሠረት፡ ብኵሉ ዘመንካ እናኃዘንካን እናፈራህካን ንእግዚኣብሔር ኢልካ ብኵሉ ሥራሕካ ትሑት ኩን። ማቴ 24፡50። ዕብ 12፡21። ራእ ዮሓ 3፡2-4።
፲፩ ኢትኩን መፍቀሬ ላኪ በኢትዝብጥ መነሂ እምሰብእ ግሙራ ዘእንበለ ሕፃን ንኡስ ንስቲተ ዘትዘብጦ በእንተ ትምህርቱ ወትጌሥዖ ወዝንቱሂ ይኩን በተዐቅቦ ዐቢይ ከመ ኢይኩን ቅቱለ በእዴከ እስመ ቦ ብዙኅ ምክንያት ለሰይጣን ያምጽእ ሞተ። ዘፍጥ ፬፡፭። ዮሓ ፭፡፵፬። ፩ዮሓ ፫፡፭። ፩ጴጥ ፭፡፭።	11 ጸብኢ ኣይትፍቶ፡ ካብ ሰብ ወገን ንማንም ኣይትውቃዕ፡ ብዘይካ እቲ ንንእሽቶ ቁልዓ ምእንቲ ክመሃር ብመጠን ትግሥፆን ትቐጽዮን እዩ። እዚ ውን ብፍጹም ጥንቃቐ ይኹን። ከመይ ንሰይጣን ብዙኅ ምኽንያት ኣለዎ እሞ ኣብ ኢድካ ከይመተካ፡ ሞት ውን ከየምጽኣልካ። ዘፍጥ 4፡8። ዮሓ 8፡44። 1ይ ዮሓ 3፡8። 1ይ ጴጥ 5፡8።
፲፪ ኢታስተሐቅር ብእሴ በእንተ ሕሠመ ራእዩ ወይኩን አልባሲከ በተዐቅቦ ወኢትልበስ ልብሰ ቀጢነ ወመልዕቴሁ ልብሰ ክሡተ እም ልብሰ ጻድቃን እንዘ ማዕከለ ሰብእ አንተ።	12 መልክዑ ክፉእ እዩ ኢልካ ንሰብ ኣይትንዓቆ ኣይተቃለሎ። ኣከዳድናኻ ብጥንቃቐ ይኹን፡ ኣብ መንጎ ሰባት ከለኻ ረቂቕ ቅጭን፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ናይ ዓበይቲ (ጻድቃን) ሰባት ዝኾነ ክዳን ደሪብካ ኣይትከደን።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
፪ነገ ፪፡፷። ማቴ ፫፡፬። ፲፩፡፯-፲።ዕብ ፲፩፡፴፯-፴፰።	2ይ ነገ 2፡8። ማቴ 3፡4።11፡7-8። ዕብ 11፡37-38።
፲፫ እመ ብከ ሠቅ ዘለትለብስ ከመ ትብኪ ቦቱ በእንተ ጌጋይከ ኢትጎድጎ ለሰብእ ክሡተ ይትረአይ ከመ ኢትትኃጐል ፃማከ አላ ይኩን ሠቅከ ጎቡአ እምውሥጥ በኢትትዐጸፍ አምዕ ስተ ከመ ያእኩቱከ ሰብአ። ማቴ ፮፡፭	13 ኃጢአትካ እናዘከርካ ኀዝንተበኪ ብውሽጢ እትኽደኖ ማቹ(ወጮ) እንተ ሃልዩካ ዓስ ብኻ ምእንቲ ከይተርፈካ ንሰብ ብግልጺ ከምዝርአ አይትግበር፡ ማቹካ አብ ውሽጢ ዝተሠወረ ይኹን እምበር ሰባት ምእንቲ ከየመስግኹካ ዋይባ አይትከደን። ማቴ6፡5።
፲፬ ወኢታንጎ ፀጉረ ድማኁከ እስመ ሐዋርያ አብጠለ ዘንተ አምሳለ ወኢትንሣእ እምፅሕምከ አመ ትላዒ ርእሰከ ወኢትጎድግ ላዕሌከ ሠርጐ እም ፀጉርከ ። ፩ቆሮ ፲፩፡፲፬ ።	14 ፀጉሪ ርእሶካ አይተንውጎ፡ ከመይ ነዚ ግብሪዚ ሓዋርያ ነቐፍዎ እዩ። ርእሶካ ክትላጸ ከሎኻ ካብ ጭሕምኻ አይትተንኪ አይትላጸ። ካብቲ ፀጉርኻ ንመልክዕ ጌጽ አይተትርፍ።1ይ ቆሮ 11፡14
፲፭ እመ ይትከሀለከ ትጹም በበሱባዔ ኢትጎድግ መኑሂ እምሰብእ ያእምር ብከ ተገንሥ እምበሊዐ ሥጋ ግሙራ አኮ ዘከመ ትረኵስ አላ ከመ ትክልአ ለሥጋከ ፍትወቶ ወሐሊ እስመ ኢኮንከ ሎቱ ድልወ። ማቴ ፮፡፮። ሮሜ ፲፬፡፭-፳፩	15 ሽሽውዓተ መዓልቲ ክትጸውም እንተ ደኣ ክኢልካ ካብ ሰብ ማንም ክፈልጠካ አይትግበር። ሥጋ ካብ ምብላዕ ፈጺምካ ተኽልከል፡ ምኽልካልካ ግና ኑቲ ሰብነትካ ካብ ፍትወት ኀዝንተፈልዮ እምበር የርክሰኒ እዩ ኢልካ አይኮነን። ማቴ 5፡6። ሮሜ 14፡5-21።
፲፮ ወህየንተ ዘበምድር ጎሠሠ ዘበሰማያት እስመ ኮሉ ዘያነዲ ነፍሶ እምነ መባልዕት ብዙኃት ውእቱ ይክል እጊዞተ ሥጋሁ። ቈላ ፫፡፭-፫።	16 ኣብ ክንዲ ምድራዊ ክብሪ ሰማያዊ ክብሪ ድለ፡ ከመይ ንሰብነቱ ካብ ብዙኅ ምብላዕ ዝኸልከለ ሰብ፡ ነዚ ሰብነቱ ውን ካብ ኃጢኣት ወሲኑ ገቲኡ ምኃዝ ይኽእል እዩ።ቈላ 3፡1-3
፲፯ ወእምነ ወይንሂ ኢትትመጠው ዘእንበለ ከመ ትጥዓሞ ወትባርክ ፈጣሪሁ ወእመ ደወይከ ከመ ጢሞቴዎስ ወወደቀ ውስተ ደዌያት ብዙኅ እምብዝኀ ገድል ስተይ ጎዳጠ እምነ ወይን እስመ ውእቱ ፈውሰ ይከውነከ ለሥጋከ። ፩ጢሞ ፭፡፳፫። ሉቃ ፳፩፡፴፬-፴፮	17 ወይኒ ኣይትስተ፡ ጥዒምካ ንፈጣሪኡ ንምምስጋን ዝኣክል ጥራይ ይኹን፡ ከም ጢሞቴዎስ እንተሓመምካ፡ ካብቲ ጽንዓት ገድሊ ዝተላዕለ ውን ብጽኑዕ እንተሓመምካ ግና ካብ ወይኒ ቅሩብ ስተ። ከመይ ንሥጋኻ ፈውሲ ሕይወት ኪኾነካ እዩ። 1ይ ጢሞ 5፡23። ሉቃ 21፡34-36።
፲፰ ወለእመሰ ተመየጥከ ኀበ ሰትየ ወይን ብዙኅ መጠውከ ርእሰከ ኀበ ፪ቱ ደዌያት ደዌ ዘነፍስ ወደዌ ዘሥጋ አንተሰ ኢትትዐደው እም፩ዱ ጽዋዕ ወእስመ በዝኀ ፪ተ።	18 ወይኒ ኣብዚኀካ ናብ ምስታይ እንተ ተመሊስካ ግና ርእሶካ ንክልተ ሕማማት ማለት ንደዌ ሥጋን ንደዌ ነፍስን ኣኀሊፍካ ምሃብ እዩ ። ንሶኻስ ካብ ሓደ መስተዪ ጽዋዕ ኣይትጎለፍ፡ እንተ በዝኀ ከኣ ክልተ ይኹን።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፭	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
፲፱ እመ ይትከሀለከ ትሑር ዘእንበለ አሣዕን ውእቱ ኀይል ወጽንዕ ለከ ወለእመሰ ይትከሀለከ ይኩን አሣዕኒከ ረቂቀ ወኢትፍቱ ትሑር በሥርግው አሣዕን ወኢትትመየጥ ኀበ ካልዕ አርአያ እስመ ዘዚአከ የአክለከ። ማቴ ፲፡፲። ማር ፮፡፱። ኤፌ ፮፡፲-፳፬።	19 ብዘይ ሣእኒ ምኻድ ኃይሊ ይኾነካ እዩ። እንተ ዘይተኻኢሉካ ግና ነጸላ ረቂቕ ሣእኒ ግበር፡ ብምልኩዕ ሣእኒ ምኻድ ኣይትፍቶ። ካልእ መልክዕ ውን ኣይትድለ፡ ኣይትወቀጥ። ከመይ ብተፈጥሮ ዝተዋህበካ መልክዕ የኣኽለካ እዩ። ማቴ 10፡10። ማር 6፡9። ኤፌ 6፡10-24።
፳ አመ ብከ ትሩፋት ኢታብዝኀ እምሥጋ ወወይን ወዓሣ ወለእመ ሖርከ ብሔረ ባዕድ ኢትፍቅድ ትክሥት ርእስከ በማዕከለ አኃው አላ አንተሂ ኩን ከማሆሙ ወለእመ አምጽኡ ለከ ፍርያተ አው ጸብሐ አው ገርሣ አው ዘበግብር ያበጽሑ ዓሣ ተመጠው ምስለ አኃው ለዝንቱ ባሕቲቱ። ዘሌዋ ፲፡፱። ፩ቆሮ ፰፡፲፫። ፱፡፲፰-፳፫።ኤፌ ፭፡፲፰። ፩ጢሞ ፫፡፫።	20 ትሩፋት እንተ ደኣ ሃልዩካ ሥጋ፡ ወይኒ፡ዓሣ ኣይተብዝኅ።ናብ ካልእ ዓዲ እንተ ኸድካ ውን ከምኣቶም ኩን እምበር ርእሸኻ ከተፍልጥ ኣይትፍቶ። ፍረ ኣትክልቲ ወይ ጸብሒ እኽሊ ወይ ጸብሒ ሥጋ ወይ ዓሣ እንተ ኣምጽኡልካ በዚ እዋንዚ ጥራሕ ምስ ኣኀዋትካ ብላዕ ። ዘሌዋ 10፡9። 1ይ ቆሮ 8፡13። 9፡18-23። ኤፌ 5፡18። 1ይ ጢሞ 3፡3 ።
፳፩ ወሶበ ይረክበከ ደዌ ወተመጠከ አንቀቅሖ አኮ ኃጢአት ውእቱ ወለእመ ጸንዐ ብከ ደዌ ወተመጠከ እምነ ሥጋ አዕዋፍ እስመ ዝንቱ ኢይከውነከ ዕቅፍተ ዳእሙ ኢትኀልቆ ከመ ውእቱ ይከውነከ ኃጢአተ አላ ተክዝ በእንተ ዘሐፀ ትሩፋቲከ ወወረድከ እመካን ጽኑዕ። ፩ጢሞ ፭፡ ፳፫-፳፭።	21 ደዌ እንተ ረኸበካ እንቋቀኑሐ እንተ በላዕ ካ ኃጢኣት ኣይኮነካን እዩ። ደዌ እንተበርቲዑካ ሥጋ ዛግራ እንተበላዕካ እዚ ውን ኣየንቅፈካን እዩ። ዕዳ ይኾነኒ እዩ ኣይትበል። ግና ኣብ ትሩፋትካ ጕድለት ስለዘምጽኣልካን ካብ መዓርግካ ስለ ዝወረድካን ደኣ ኀዘን እምበር ።1ይ ጢሞ 5፡23-25።
፳፪ ወሶበ ያጌብሩከ በደዌከ ትትሐፀብ በቤተ ብለኔ ይኩን አሐደ ጊዜ አው ክልኤ ወእምድኅረ ሐየውከ ኢትፍቅድ ሐዊረ ኀበ ቤተ ብለኔ ግሙራ።	22 ብምኽንያት ሕማም፡ ኣብ ቤተ መሕጸቢ ንክትሕጸብ ግድን እንተ በሎኻ ሓደ ጊዜ ወይ ክልተ ጊዜ ይኹን። ምስ ሓወኻ ግና ናብ ቤተ መሕፀቢ ምእታው ኣይትፍቶ።
፳፫ ወአንተሂ ኦ መነኰስ ወእመ አኮ ካህን እመ ኮንከ ጥዑየ እምነ ሕማም ይኩን ንዋምከ ኀዳጠ በኵሉ ጊዜ።	23 ኣታ መነኮስ ወይ ኣታ ካህን ሕማም ዘይብልካ ጥዑይ እንተኻንካ ኵሉ ሳዕ ድቃስካ ብመጠን ይኹን።
፳፬ መቅድመ ኵሉ ተመየጥ ውስተ ግብርከ ወግብረ እደዊከ ተገበር ገራህተ ወኢትኩን ሐኬየ ከመ ትርከብ በግብረ እደዊከ ፈድፋደ በዘትሁቦሙ ለነዳያን ወለድኩማን ወለፈላስያን ወለዘትፈቅድ። ማቴ ፳፭፡፴-፴፭። ፩ተሰሎ ፪፡፱።	24 ቅድሚ ኵሉ ናብ ተግባር ነፍስን ናብ ተግባር ኢድን ተመለስ። ማሕረሻ ኃዝ፡ ሃካይ ኣይትኹን፡ ካብ ተግባር ኢድካ ዝሠራሕካዮ ሥራሕ ንኣኻ ኣትሪፍካ፡ ንድኻታትን ንድኹማትን ንስደተኛታትን ንክትህቦም፡ ነኣኻ ውን እትደልዮ ነገር ኻክትረክብ እዩ። ማቴ 26፡40-41። 1ይ ተሰ 2፡9።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
፷፩ ወአንተኒ ኦ መነኰስ አመ ኮንከ ሱቱፈ ምስለ አኃው በፍቅረ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በ፩ዱ ልብ ወትፈቱ ትኩን ረድኦ ለእግዚእነ ወከመ ትትኄለቅ ምስለ ማኅበረ ሐዋርያት ንጹሐን ኩን መናኔ ዘበአማን ወኢተሐሊ ምንተኒ ዘሀሎ ውስተ ዝንቱ ዓለም ግሙራ ከመ ዚአከ ውእቱ ህየንተ ኮሎሙ አኃው ዘአንተ ተኃድር ምስሌሆሙ በፍቅር። ማቴ ፩፥፱። ፲፱፥፮-፷፮። ፩ቆሮ ፲፩፥፩። ፩ ዮሐ ፪፥፲፩-፲፯።	25 ንሰኻ መነኮስ ውን ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምፍታው ምስ ኣኀዋት ኣብ ሓደ ልቢ እንተሃሊኻ፣ ናይ ጐይታ ወዲ መዝሙር ንምኻን ውን ምስ ሓድነት ንጹሓን ሓዋርያት ክትቀጸር እንተ ፈቲኻ ሓቀኛ መናኒ ኩን። ንሰኻ ብፍቅሪ ሓቢርካዮም ዘሎኻ ኣኀዋት ተሪፍዎም ኣብዚ ዓለም ንዘሎ ዝኾነ ነገር ናትካ ጥራይ ከምዝኾነ ፈጺምካ ኣይትሕሰብ። ማቴ 1፡9።19፡ 6-27። 1ይ ቆሮ 11፡1። 1ይ ዮሓ 2፡15-17።
፷፪ ዑር መስቀለ ዘበአማን ወትሉ እግዚእከ ዘከመ ገብሩ ሐዋርያት ዘኀደጉ ኮሎ ዘቦሙ ወኮሎ ፈቃደ ልቦሙ ወተለውዎ ለመድኃኒነ ። ማቴ ፬፡፲፮-፳፫። ፲፡፴፰-፴፱። ፲፱፡፳፯-፴። ፪ቆሮ ፬፡፲።	26 ብሓቂ መከራ ተቐቢልካ ንፈጣሪኻ ምሰሎ። ከምቲ እቶም ንዘለዎም ኩሉን ፍቓድ ልቦምን ዝኀደጉ ሓዋርያት ዝገበርዎን ንመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሰልዎን።ማቴ. 4÷18-23።10፡36-38። 19፡27-30። 2ይ ቆሮ 4፡10።
፷፫ ወከመዝ አንተኒ ዓዲ እንዘ ትነብር ውስተ አሐቲ ምኔት በተዋሕዶ ምስለ አኃው እመ ብከ ጥሪት አው ገራህት አው ቤት አው ንዋይ አው ዐፀደ ወይን አው ዘይመስሎ ለዝንቱ እምዘዘገብከ በሥጋ እምነ ርስት አው እምነ ፃማ እዴከ ኢትኅባዕ እምኔሁ ምንተኒ እምነ አኃው ዘአንተ ሱቱፍ ምስሌሆሙ በእግዚእ አላ ሚጥ ኮሎ ዘብከ ወአንብር ሜጠ ታሕተ እግረ አኃው ከመ ይግበር ሎቱ ሊቀ ማኅበር ኮሎ ዘፈቀደ።	27 ከምኡ ውን ንሰኻ ምስ ኣኀዋት ብሓድነት ኣብ ሓንቲ ገዳም ከሎኻ፣ ጥሪት ወይ ግራት ወይ ቤት ወይ ገንዘብ እንተሃልዩካ፣ ከምኡ ውን ኣብ ሥጋዊነት ከሎኻ ካብ ርስቲ ወይ ካብ ተግባር ኢድካ ዝረኸብካዮ ነዚ ዝመስል እንተ ነይሩካ፣ ብትእዛዝ ጐይታ ንሰኻ ሓቢርካዮም ካብ ዘሎኻ ካብ ኣኀዋት ካብዚ ምንም ሠዊርካ ኣይተትርፍ። እቲ ሊቀ ማኅበር ዝደለዮ ምእንቲ ክሠርሓሉ፣ ዘለካ ኩሉ ሼጥካ ነቲ ሽያጡ ነቶም ኣኀዋት ኣበርክት።
፷፬ ወኢይኩን ለከ እንከ መባሕት ወኢምንትኒ እምዘሀሎ ውስተ ዝንቱ ዓለም አላ ጸሐቅ ለመድኃኒተ ነፍስከ ወፍትወትከሂ ይኩን ውስተ መንግሥተ ሰማያት ዘእንተ ትሴፈዋ ወተአምን ዘከመ ትረክባ ። ማቴ ፮፥፲፱-፴፫። ፪ቆሮ ፬፡፲-፲፰ ።	28. ኣብዚ ዓለም'ዚ ካብ ዘሎ ብዝኾነ ነገር ኣነ ክእዘዘሉ እየ ኣይትበል፣ ንምድኃን ነፍሽኻ ደኣ ጸዓርን ትጋህን እምበር። ናፍቆትካ ናብታ ንሰኻ ተስፋ ትገብረላ ንክትወርሳ ውን ናብ ትምነያ መንግሥተ ሰማያት ይኹን። ማቴ 6፡19-34። 2ይ ቆሮ 4፡27-18 ።
፷፭ ጽሑፍ ውስተ መጽሓፈ ግብረ ሐዋርያት እስመ ኮሎሙ እለ አምኑ ቦቱ በፈዱ ልብ ወበፈዱ መንፈስ ወአልቦ እምኔሆሙ ዘይብል እምነ ዘጥረየ ዝ ዘዚአየ አላ ኮኑ ሱቱፋነ ኮሎሙ በኮሉ ዘቦሙ ወዘቦ እምኔሆሙ ገራህት አው ቤት ኮኑ ይሠይጥዎ ወያነብሩ ሜጠ ታሕተ እግረ ሐዋርያት ወይሁቡ ለለፈዱ ፈዱ	29. ግብሪ ሓዋርያት ኣብ ዝነግር መጽሓፍ፣ ኩሉም ዝኣመኑ ከም ሓደ ቃል ተናጋሪ ከም ሓደ ልቢ መኻሪ ኮይኖም ይነብሩ ከምዝነበሩ ካብኣቶም ውን ካብ ኩሉ ገንዘቡ እዚ ናተይ እዩ ዝብል ከምዘይነበረ ተጻሒፉ ኣሎ። በቲ ዘለዎም ኩሉ ገንዘብ ብምሉኣም ሓደ ነበሩ እምበር። ካብኣም ማሕረስ ኮነ ቤት ዝነበሮም ሸይጠም ዋጋኡ ኣብ ትሕቲ እግሪ ሓዋርያት

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፹፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
እምኔሆሙ መፍቅዶ። ግብ ሐዋ ፪፡፵፬-፵፮። ፬፡፴፪-፴፯። ፭፡፩-፲፪።	የፍስስዎ ነበሩ። ሓዋርያት ድማ ንነፍስ ወከፍ ካብኦም ዝደለዩ ይህቡ ነበሩ። ግብ ሐዋ 2፡44-46። 4፡32-37። 5፡1-12 ።
፴ እመቦ ገራህት ለአኃው እለ ውስተ ማኅበር ወዘይጽሕቅ ለተገብሮ ገራህት ዘማኅበር ይከውን ከመ ዘያስተጋብእ ፍሬ ጽድቅ ለአኃው ወኢይኩን ውስቴቶሙ ግፉዐ። ፩ቆሮ ፲፪፡፱።	30 ነዞም ብሓድነት ዘለዉ ኣኀዋት ሕርሻ እንተሃለዎም፡ ናይ ማኅበር ማሕረስ ንምሕራስ ዝተግህ፡ ንኣኀዋት ውን ፍረ ትሩፋት ዝእክብ ይኸውን። ግና ብኣታቶም ዝግፋዕ ኣይኩን ። 1ይ ቆሮ 12፡9
፴፩ ወለእመ ኮንከ ግሑሠ ኦ መነኮስ ለባሕቲትከ ኢታጽርእ እምገቢረ ምሕረት ምስለ ኵሉ በአምጣነ ክሂሎትከ እምነ ፃማከ ዘገበርኮ ዘበጽድቅ። ወአኮ እምርዴ ወኢእምግፍዕ ወኢእምነጊድ ወኢእምዓ መፃ ወኢእምሰሪቅ ወኢእምፃማ ባዕድ አላ እምፃማ እዴከ ባሕቲቱ። መዝ፻፳(፻፱)፡፭-፲፩። ፪ቆሮ ፱፡፭-፲፩። ኤፌ ፬፡፳፰። ፩ተሰ ፬፡፲፬። ፪ተሰሎ ፫፡፰-፲፫።	31 ኣታ መነኮስ ካብ ሰብ ተፈሊኻ በይንኻ ትነብር እንተኾንካ ብዝተኻእለካ መጠን ምጽዋትካ ንቑሉ ካብ ምሃብ ሸለል ኣይትብል። እዚ ግና ብሓቂ ሥራሕካ ብድኻምካ ካብ ዝረኸብካዮ ይኹን። ብሓረጣ፡ ብግፍዒ፡ ብንግዲ፡ ብዓመፅ፡ ብስርቂ ዝመጸ ወይ ካብ ዓስቢ ካልእ ኣይኹን። ደኺምካ ሠራሕካ ካብ ዝረኸብካዮ ደኣ ይኹን። መዝ 15(14)፡5-11። 2ይ ቆሮ 9፡5-11። ኤፌ 4፡27።1ይ ተሰሎ 4፡14። 2ይ ተሰሎ 3፡8-13።
፴፪ ወለእመ ነበርከ በተዋሕዶ ምስለ አኃው ኢታማስን አስኬማከ በምግባር ዘኢይደሉ ወአኮ ይእቲ ሕንፀት ዘከመ ሥምረተ እግዚአብሔር ከመ ኢይት መዓዕ ላዕሌከ እግዚአብሔር ወኢይስድድከ እም አብያተ ጻድቃን። መዝ ፪፡፩-፲፪። ማቴ ፯፡፲፩-፲፪። ኤፌ ፪፡፲፱-፳፪።	32. ምስ ኣኀዋትካ ብሓድነት እንተሃሊኻ ዘይግባእ ሠራሕካ መዓርግካ ኣይተንቅፍ። እዚ እግዚኣብሔር ከምዝፈትዎ ኳንካ ምሕናፅ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ከይ ፈርደልካ፡ ጻድቃን ካብ ዝነበርሉ ውን ኣውጺኡ ከይሰደካ። መዝ 2፡1-12። ማቴ 8፡11-12። ኤፌ 2፡19-22 ።
፴፫ ወለእመ ኮንከ በተዋሕዶ ምስለ አኃው ወአጥረይከ ገራህተ አው ቤተ አው ወርቀ አው ብሩረ ለከ ለባሕቲትከ አው ምንተኒ እምንዋየ ዝንቱ ዓለም ዘኢያጥረይዎ አኃዊከ ኵሎሙ ኢኮንከ ግሑሠ ወኢመነንከ ለዝንቱ ዓለም ወኢፍትወቶ አላ ተሣለቀ ወተሣለቁ ለከ አጋንንት። ግብ ሐዋ ፭፡፩-፭። ሉቃ ፱፡፶፱-፷፪። ኤፌ ፮፡፩-፳፬ ።	33 ምስ ኣኀዋት ብሓድነት እናነበርካ ንኣኻ ጥራይ ዝኸውን ማሕረስ ወይ ወርቂ ወይ ብሩር እንተለካ፡ ወይ ውን ኣኀዋትካ ዘይረኸብዎ ካብዚ ገንዘብ ዓለም ዝኾነ ይኹን እንተሃልዩካ መናኒ ኣይኮንካን። ፍቓድ ናይዚ ዓለም'ዚ ብሓቂ ኣይነዓ ቅካን፡ ንሰኻ ትጸወት ኢኻ ዘሎኻ ኣጋንንቲ ውን ተሣለቑልካ ደኣ እምበር። ግብ ሐዋ 5፡1-5። ሉቃ 9፡59-62። ኤፌ 6፡1-24።
፴፬ ለእመ ነበርከ ውስተ ምኔት ምስለ አኃው ኢትፍቱ ትኩን ሐካየ	34. ኣብ ገዳም ብሓድነት ምስ ኣኀዋት እንተ ነበርካ ሕማቕ ኣይትኹን።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
ወኢይሴስዩከ ካልአን ወይደልወከ ትትመሀር ግብረ እድ በዘተሐዩ ቦቱ ከመ ኢታክብድ ፆረ ላዕለ አኃው ወተገበር በዓስብ ምስለ ካልእ ከመ ትርከብ ሲሳየ ዘለዕለት። መዝ ፻፳፰(፻፳፯)፡፭-፱። ፭ተሰሎ ፬፡፲፭። ፪ተሎ ፫፡፰-፲፫።	እቶም ካልኦት ወሪዶም ደይቦም ይርድኡኒ ኣይትበል። ንኣኀዋት ከቢድ ሸክሚ ምእንቲ ከይተኽብደሎም ርእሸኻ ረዲእካ እትነብረሉ ተግባረ ኢድ ክትመሃር ይግብኣካ። ናይ ዕለት መግቢ ንኽትረክብ ምስ ካልኦት ሠራሕተኛ ኮይንካ ሥራሕ። መዝ 128(127)፡1-2። 1ይተሰሎ 4፡11። 2ይ ተሰሎ 3፡8-13።
፴፭ ለእመ ኀደርከ ምስለ ሰብአ ዓለም መቅድመ ኵሉ ተተሐት ወኢትፍቱ ትኩን መምህረ ወኢበምንትኒ ዘእንበለ መድኃኒተ ነፍሶሙ ወድኅነቶሙ ወለሊከ ምስሌሆሙ ኀቡረ ወለእመ ርኢከ ነፍሳተ ዘድኀኑ በእንቲአከ ወትፈቱ ከመ ትፈጽም ግብረ ዘበዓለ ፭ቱ ምናናት ዘተገበረ ወረብኀ ካዕበቶ ጸሐቅ ለነፍሳት እለ ሀለዋ ኀቤከ ። ሉቃ ፲፱፡፲፭-፳፯። ፲፯፡፱-፲፭።	35 ምስ ሰብ ዓለም እንተ ነበርካ ቅድሚ ኵሉ ትሑት ኩን፣ ብዝኾነ ነገር መምህር እየ ምባል ኣይትፍቶ፣ ብነፍስን ብሥጋን ዝድኀንሉ ንሰኻ ውን ምስኣቶም እትድኀነሉ እንተዘይኮይኑ ደኣ እምበር። ብመምህርነትካ ዝድኀኑ ብዙኃት ነፍሳት እንተርእኻ እሞ ከምቲ ወሪዱ ደይቡ ነተን ኃሙሽተ ዓሰርተ ዝገበረ በዓል ኃሙሽተ ምኽሊት ሥራሕ ክትፍጽም እንተደሊኻ፣ በተን ኣብ ውሽጢ ናትካ መምህርነት ዘለዋ ነፍሳት ትጋህ። ሉቃ 19፡11-27። 18፡9-15።
፴፮ ወአጽንዖሙ ለደቂቅከ ይትጋብኡ ፍጡነ ለለኵሉ ፭ዱ ፭ዱ እምኔሆሙ ውስተ መካነ ማዕድ ባሕቲቱ ዝውእቱ መካነ ጉባኤ በጊዜ ቅዳሴ ወበጊዜ መብልዕ ወኢይትጋብኡ በዝንቱ ባሕቲቱ አላ ይትጋብኡ ምስለ ኵሎሙ አኃው በጊዜ ጉባኤሆሙ ። ግብ ሐዋ ፪፡፵፪-፵፮።	36. ንኵሎም እቶም ደቀመዛሙርትኻ ሓደ ብሓደ ኣብቲ ቦታ መኣዲ ማለት ኣብቲ ቤት ጉባኤ ኣብ ጊዜ መግብን ጊዜ ቅዳሴን ቀልጢፎም ንክእከቡ ኣጽንዓዮም። ምስ ኵሎም ኣኀዋት ኣብ ዝእከብሉ ደኣ ይተኣከቡ እምበር ኣብዚ ጥራሕ ኣይተኣከቡ፣ ግብ ሓዋ 2፡42-47።
፴፯ ወሶበሂ ይሰክቡ አኃው ይኩን ፭ዱ ፭ዱ እምኔሆሙ ዑጹፈ በአልባሰ ዚአሁ ባሕቲቱ ወያንብር ፭ዱ ፭ዱ እምኔሆሙ ልብሶ ኀቤሁ ሶበ ይነውም አው ሠቀ ዘይለብስ በውስተ አልባሲሁ ወቅናተ ዘይቀንት ቦቱ ሐቂሁ ከመ ይርከቦሙ ድልወ በጊዜ ጸሎት ሶበ ያስተበቍዕ በሌሊት።	37. ካብ ኣኀዋት ነፍስ ወከፍ ናይ ገዛእ ርእሱ ክዳን ተኽዲኑ ይደቅስ። ነፍስ ወከፍ ክድቅስ ከሎ፣ ነቲ ክዳኑ ኮነ ብውሽጢ ክዳኑ ንዝገብሮ ማቕ ወይ ነቲ ኣብ ሕቁኡ ዝዕጥቆ ቅናት ኣብ ጥቓኡ የንብሮ። ከመይ ለይቲ ኣብ ዝጽልየሉ ጊዜ ቅሩብ ድሉው ኮይኑ ምእንቲ ክረኽቦ እዩ።
፴፰ ወኩን ትጉሀ ምስለ አኃው በጸሎት ሶበ ይጼልዩ ብዙኃ ጊዜያተ በሌሊት ወብዙኃ ጊዜያተ በመዓልት በመዝሙር ወኢትክላህ በሕቁ አላ ዘምር በመጠን ከመ ኢይዘንግዑ አኃው ወይኩን ኵሉ ዘትገብሮ በዐቅም። ማቴ ፮፡፭-፲፭። ፩ቆሮ ፲፬፡፳፮-፴። ኤፌ ፭፡፲፱ ።	38. መዝሙረ ዳዊትን ስብሓተ ሙሴን መንፈሳዊ ማኅሌትን ብመዓልትን ለይትን መላሊሶም ኣብ ዝጽልይሉ ጊዜ ምስቶም ኣኀዋት ንጸሎት ትጋህ። ብዘይ ልክዕ ዓው ኢልካ ኣይትጸሊ፣ እቶም ኣኀዋት ሥራሕ ምእንቲ ከይገድፉ ቀስ ኢልካ ደኣ ጸሊይ እምበር ዓው ኣይትበል። ኵሉ እትገብሮ ብመጠን ይኹን። ማቴ 6፡7-15። 1ይ ቆሮ 14፡26-40። ኤፌ 5፡19።

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፩	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21
፴፱ ወእምድኅረዝ ሶበ ይትገኀሡ አኃው ውስተ መካናቲሆሙ የኀድሩ ውስቴቶሙ እምድኅረ ጸለዩ ጸሎተ ምስለ አኃው ወሐለየ ልብከ ፍቅሮ ለእግዚአብሔር ፈጽም ቃለ ሐዋርያ ዘይቤ ጸልዩ ዘእንበለ ጽርዓት ወአእኵቱ በኵሉ ግብር። ኤፌ ፭፡፳። ፮፡፲-፳፬። ፩ተሰሎ ፭፡፲፮-፲፰።	39 እቶም ኣኀዋት ጸሎተ ማኅበር ድኅሪ ምጽላዮም ናብቲ መጎደሪኦም ቦታ ምስ ከዱ፡ ልብኻ ፍቕሪ እግዚኣብሔር እንተሓሰበ ኑቲ ሓዋርያ ከየባተኽኩም ጸልዩ ብኵሉ ሥራሕ ድማ ኣመስግኑ ዝበሎ ቃል ፈጽም። ኤፌ 5፡20። 6፡10-24።1ይ ተሰሎ 5፡16-18።
፴፩ መሀሮሙ ለደቂቅከ አርምሞ ወኢትትሀከይ ወኢትባእ ሐኖተ ለግሙራ ዘውእቱ መካነ ምሥያጠ ሥጋ ወኢፍንዱቀ ዘውእቱ ቤተ ማኅደረ አናግድ ዘእንበለ ዳዕሙ አመ ትትአነገድ ።	40 ንደቅኻ ኣርምሞ (ስቕታ) መሃሮም፡ ሃካይ ኣይትኹን፡ ናብ ሐኖት ማለት መሸጣ ሥጋ ፈጺምካ ኣይትኺድ፡ ጋሻ ኼንካ ኣብ ዝኸድካሉ እንተ ዘይኮይኑ ናብ መኅደሪ ኣጋይሽ ኣይትኺድ ።
፴፪ ወሶበሂ ትፈቅድ መብልዐ ወመስቴ ፈኑ ዘይሣየጥ ለከ አንተሰ ሀሉ ውስተ ቤተ ክርስቲያን በውስተ መካን ዘተግህሥከ ቦቱ ብላዕ ወስተይ ህየ። ዮሐ ፬፡፫-፴ ።	41 እትበልያን እትሰትዮን እንተደሊኻ ዝዕ ድገልካ ለኣኽ፡ ንሸኻ ግና ኣብ ቤተ ክርስቲያን የዕሪፍካ ጽናሕ። ኣብቲ ዘዕ ረፍካሉ ቦታ ኼንካ ድማ ብላዕን ስተይን። ዮሓ 4፡3-30 ።
፴፫ ወለእመ ሐርከ ውስተ መካን ዘአልቦ ውስቴቱ ቤተ ክርስቲያን ወኢቤተ ዘርቱዕ ሃይማኖቱ ወአገበረከ ትሑር ውስተ ቤተ ፍንዱቅ ሑር ውስተ መካን ዘአልቦ ውስቴቱ ብእሲት ወውስተ ሐኖትሰ ኢትሑር ወእንዘሂ ተሐውር ውስተ ፍንዱቅ ይኩን ልብከ ትኩዘ። ኢዮ ፴፩፡፩። ማቴ ፭፡፳፰።	42 ቤተ ክርስቲያን ናብ ዘይብሉ ቦታ ኮነ ቅኑዕ ሃይማኖት ናብ ዘይብሉ ቤት እንተኸድካ እሞ ናብ መዕረፊ ኣጋይሽ ኽትኸይድ ግድን እንተኼንካ ሰበይቲ ናብ ዘይብሉ ቦታ ኪድ፡ ናብ ዕዳጋ ሥጋ ግና ኣይትኺድ። ናብ መዕረፊ ኣጋይሽ ውን እንተኸድካ ልብኻ ጎዙን ይኹን። ኢዮ 31፡1። ማቴ 5፡28።
፴፬ ወተዐቀብ ከመ ኢትጸሊ ምስለ ዐላዊ ወለሊከ ተዐቀብ እምዝንቱ በፈቃደ ርእስከ። ፪ዮሐ ፩፡፲-፲፩	43 ምስ መናፍቃን ከይትጽሊ ተጠንቀቕ፡ ካብዚ ኹሉ ባዕልኻ ብፍታው ርእሽካ ተሓሊሙ። 2ይ ዮሓ 1፡10-11
፴፭ ዝንቱ ትእዛዝ ዘመነኰሳት ወካህናት ወተጋዳልያን ወተጋራምያን ወመበለታት ወደናግል ወኵሎሙ ክርስቲያን እለ ሀለዉ በሰብሳብ ንጹሕ።	44 እዚ ትእዛዝ እዚ ንመነኮሳት፡ ንካህናት፡ ብትሩፋት ንዝጋደሉ፡ ጾም ንዘዘውትሩ፡ብሕጊ ነይሮም ንዝመንኮሱ፡ ብድንግልና ንዝጸንዑ፡ብንጹሕ መውስቦ ንዘለዉ ንኵሎም ክርስቲያን እዩ።
❖ ❖ ❖ **ምዕራፍ ፷፪**	❖ ❖ ❖ **ምዕራፍ 22**
፩ ወለእመቦ እምውስተ ካህናት ዘይፈቅድ ያእምር ሥርዓተ ክህነት ይረሲ ዘንተ ትእዛዘ በቅድሜሁ ወአንተሂ አ ካህን	1 ካብ ወገን ካህናት፡ ሥርዓተ ክህነት ክፈልጥ ዝፈቱ ነዚ ትእዛዝዚ ኣብ ቅድሚኡ ገሩ ኵሉ ሳዕ ይመልከት። ኣታ ካህን ውን ቅጹዕ ኼይንካ ንበር። ዝኾነ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፭፡ ፷፱

ኩን ግሡፀ ወኢትግበር ምንትኒ እኩየ ወኩን ፍሩሀ ወርዑደ እምቃለ እግዚአብሔር። መዝ ፱፡፲፭

፱ ወዓዲ ኩን በሊሐ ንባብ ወልቡና ወሃይማኖተ ርትዕተ ዕቀብ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወበአቡሁ ኄር ወበመንፈስ ቅዱስ ። ፩ጢሞ ፩፡፲። ፪ጢሞ ፫፡፲፬-፲፯። ቲቶ ፩፡፱

፲ መቅድመ ኵሉ አ ካህን ረኃቅ እምትድምርተ አንስት ወኢትኅበር ምስሌሆን ወኢትትህከይ ወኢታዕርዕ ሐዊረ ቤተ ክርስቲያን።መዝ ፷፫(፷፪)፡ ፩-፫። ፩ጢሞ ፭፡፲፩ ።

፲፩ መእመቦ ዘይትናገር ውስተ ቤተ ክርስቲያን ነገረ ከንቱ ወሥላቅ እስመ ጌጋዩ ይከውን ላዕለ ካህን ዘይትለአክ ወአኮ ዘይኤብስ ባሕቲቱ ዘይትኴነን አላ ዘሂ ይትፈሣሕ በኃጢአቱ ይትኴነን ወአኮ ውእቱ ዘአበሰ ወዳእሙ ዘሥምረ በኃጢአተ ዝኩ ወናሁ ተሣተፎ በኃጢአቱ ወበአሐቲ ኮነኔ ይትኴነኑ ። ማቴ ፲፪፡፴፯-፴፯። ፩ጢሞ ፭፡፳፩-፳፭ ።

፲፪ አ ካህነ እግዚአብሔር ይደልወከ ትንቃሕ በእንተ ዘያበውኡ መባአ ወኢትሚጥ ብኵርናከ እንበይነ መብልዕ ።ዘፍጥ ፳፭፡፳፱-፴፬። ዕብ ፩፡፲፮-፲፯።

፲፫ ወኢትትወከፍ መባአ እምነ ሐራዊ ግዙፈ ልብ ወኢእምነ ነህቢ ሰራዊ ወኢእምነ ነጋዲ መሐሊ በሐሰት በእንተ ረባሕ ወኢእምሰዱቃዊ ጸራፊ ዐላዊ ወኢእምነ ባዕል ዘይሰክይዎ አግብርቲሁ ከመ ውእቱ ኢይሁቦሙ መፍቅዶሙ ። ማቴ ፳፪፡፳፫-፴፫። ግብ ሐዋ ፳፫፡፩-፲፰ ።

፲፬ ወኢእምነ ሰራዊ ወኢእምነ ቀታሊ ዘኢተነስሐ ወኢእመጸብሐዊ ዘኢኀደገ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. 21፡ 22

ክፉእ አይትሥራሕ፡ ካብ ቃል እግዚአብሔር ዝተላዕለ እናፈራህካን እናተጠንቀኞካን ንበር። መዝ 2፡11።

2 ምሥጢሩ ብምስትውዓል ዘንብብ ኩን፡ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ቡቲ ለዋኅ አቦኡን ብመንፈስ ቅዱስን ዝኣመንካያ ቅንዕቲ ሃይማኖት ሓሉ። 1ይ ጢሞ 1፡7። 2ይ ጢሞ 3፡14-17። ቲቶ 1፡9።

3 አ ካህን ቅድሚ ኵሉ ምስ ኣንስቲ ካብ ምርኻብ ረኃቕ፡ ምስኣተን ውን ኣብ ሓደ ቦታ ኣይትኹን። ኣይትተሃከይ፡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ምኻድ ኸኣ ኣይተቋርጽ። መዝ 63(62)፡1-3። 1ይ ጢሞ 5፡11።

4 ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዘይጠቅም ዋዛ ፈዛዛ ዝዛረብ ሰብ እንተ ደኣ ሃልዩ በደሉ ኣብቲ ኣገልጋሊ ካህን እዩ ዝኸውን፡ እቲ ዝበደለ ጥራይ ኣይኮነን ዝፍረድ። ንሱ ስለዝበደለ ዘይኮነስ ኃጢኣት እናገበረ ርእዩ ስቅ ስለዝበለ እዩ። እንሆ ኣብ ኃጢኣቱ ስለዝሠመሮ ኸኣ ብሓንቲ ፍርዲ ይፍረዱ። ማቴ 12፡36-37። 1ይ ጢሞ 8፡21-25።

5 ኣታ ኣገልጋሊ እግዚአብሔር ኦ ካህን፡ ብዛዕባ እቶም መባእ ዘእትዉ ሕዝቢ ክትነቅሕ ይግብኣካ፡ ንመብልዕ ኢልካ መዓርግካ ኣይተዋርድ። ዘፍጥ 25፡29-34። ዕብ 1፡16-17።

6 ካብ ተሪር ልቡ መባእ ኣይትቀበል። ካብ ሰራቒ ኣንጠረኛ፡ ምእንቲ ትርፊ ኢሉ ብሓሶት ካብ ዝምሕል ነጋዲ፡ ካብቲ ትንግኤ ሙታን ዝኽሕድን ፈሪሶም በስቢሶም እዮም ዝተርፉ ዝብልን ሰዱቓዊ፡ ነቲ ዘድልዮም ኣይህበኩምን እየ እናበሎም ኣገልገልቲ ካብ ዝኽስዎ ሃብታም ውን እንተ ኾነ መባእ ኣይትቀበል። ማቴ 22፡23-33። ግብ ሓዋ 23፡1-18።

7 ካብ ሰራቒ፡ ንስሓ ካብ ዘይኣተወ ቀታል ነፍስ፡ ሥርሑ(ብላዕሊ ትርፊ ምውሳኽ)

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፹፪	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 22
ግብሮ ወኢእምዘማዊት ዘሀለወት በግብረ ዝሙት ወኢእምነ መደልው ወኢእምነ ዘቦቱ እክል ወኢይከውን መሐሬ ወኢይሁብ ለዘይስእል እምኔሁ ልቃሐ ወኢእምነ መጥዐውያን ወኢእምነ መሠርያን ወኢእምነ መሰግላን። ያዕ ፪፡፲፩-፲፮። ፩፡፩-፩ ።	ካብ ዘይኃደገ ተጋዊ፡ ብዝሙት ካብ ትነብር ዘማዊት፡ ብሚዛን ካብ ዝሰርቕ፡ እኽሊ ከለዎ ካብ ዘይርኅሩኅን ኣለቅሓኒ ኢሉ ንዝለመኖ ካብ ዘይህብ፡ ጣዖት ካብ ዘምልኹ፡ ካብ ዝሥርዩን ካብ ዝጥንቀኑን ውን እንተኾነ መባእ ኣይትቀበል። ያዕ 2፡15-17። 5፡1-5።
፰ ወኢእምነ ረአይያነ ከዋክብት ወኢእምነ ጸዋዕያነ አጋንንት ወኢእምነ ማእምራን እለ ይብሉ ይከውን ከመዝ በአእምሮ ሰይጣናዊ ኢትትወከፍ እምኔሆሙ መባእ ወኢትደመር ምስሌሆሙ ኢበመብልዕ ወኢበስቴ።፩ቆሮ ፰፡፬-፲፪።	8 ኮኾብ ካብ ዝቈጽሩ፡ ኣጋንንቲ ካብ ዝጽውዑ፡ ብሰይጣናዊ ፍልጠት ከምዚ ኪኸውን እዩ ካብ ዝብሉ ፈላጣት ኢና በሃልቲ፡ካብዚኣቶም መባዕ ኣይትቀበል ። ብመብልዕ ብመስተ ውን ምስኣቶም ኣይትጎበር። 1ይ ቆሮ 5፡9-12።
፱ ወዓዲ ኢትትወከፍ መባአሙ ለዐማዕያን እለ ኢይትዔገሡ ወኢእምነ ዐላውያን ወኢእምነ ዘማውያን ወኢእምርኩሳነ አልባብ ወኢእምነ ሰዐልያን እለ ይሰብኩ ሰብኮ ጣዖት ዘወርቅ ወዘብሩር ወብርት ወኢእምነ ወዐልት ወኢእምነ እለ የዐውዱ በሌሊት ።መዝ ፻፲፭(፻፲፬)፡፬-፰። ራእ ዮሐ ፳፩፡፰። ፩ጢሞ ፩፡፱-፲፪ ።	9 ክፉእ ንምሥራሕ ካብ ዘይዕገሡ ዐመጸኛታት መባእ ኣይትቀበል። ካብ በደለኛታት፡ ካብ ዘመውቲ፡ ካብ መናፍቓን፡ ናይ ወርቅን ብሩርን ሓፂንን ምስሊ ቀሪያም ኣፍሲሶም ጣዖት ካብ ዝሠርሑ፡ ከምኡ ውን ካብ ናይ መዓ ልቲ ወረርቲ ናይ ለይቲ ኮለልቲ መባእ ኣይትቀበል ። መዝ 115(114)፡4-8። ራእ ይሓ 21፡8። 1ይ ጢሞ 1፡9-12።
፲ ወኢእምነ ሰካርያን ወኢእምእለ ይገብሩ ተባዕተ ወኢእምእለ ይገብርዎሙ ወኢእምነ መምህራን ሐሳውያን ወኢእምነ ተጠያርያን። ሮሜ ፳፩፡፴፬። ገላ ፩፡፲፮-፳፬። ፩ቆሮ ፮፡፱-፲፩ ።	10 ካብ ሰኽራማት፡ ንባህሪኣም ናብ ዘይግባእ ካብ ዝገብሩን ካብ ዝቐበሉን፡ ካብ ሓሰውቲ መምህራን፡ ብውፍ ካብ ዝጥንቀኑ ውን እንተኾነ መባእ ኣይትቀበል።ሮሜ 21፡32። ገላ 5፡16-24። 1ይ ቆሮ 6-9-11።
፲፩ እስመ ካህን ዘይነሥእ እምእለ ዘከርናሆሙ አው ዘይነሥእ እምነ ኃጥአን ይከውን ከመ ዘያበውእ ውስተ ምሥዋዐ መባአ እግዚአብሔር ለመሥዋዕት በግዐ ንውረ ወዕዉረ አው ሐንካሰ አው ቁሰለ ወአርኰሰ ለምሥዋዕ ወዝንቱ ካህን ኢያሠምሮ ለእግዚአብሔር በክህነቱ።ዘሌዋ ፳፪፡፲፱-፳፭። ሚል ፩፡፰ ።	11 ካብዞም ዝጠቐስናዮምን ካብ ካልኦት ኃጥኣንን መባእ ዝቐበል ካህን፡ ልክዕ ከምቲ ንእግዚኣብሔር ዝግባእ መባእ ናብ ዘቐርብሉ መሠውዒ፡ እቲ ዝተኸልከለ ዓይኑ ዝዓወረ እግሩ ዝሓንከሰ ቀኑል በጊዕ ንመሥዋዕቲ የቐርብ ዝነበረ ነቲ መሠውዒ ዘርከሰ ከም ካህን ኦሪት እዩ። ከምዚ ዝበለ ካህን ንእግዚኣብሔር ብክህነቱ ኣየሐጉስን እዩ። ዘሌዋ 22፡19-25። ሚል 1፡8።
፲፪ ወአንተሰ ኦ ሕዝባዊ አልብከ ሥልጣን ከመ ትኰንኖ ለካህን በእንተ መሥዋዕት አላ ሶበ ትሬእዮ ለካህን ይገብር ከመዝ ጕየይ ጎበ ካልእ	12 ኦ ሕዝባዊ ንሸኻ ግና ብዛዕባ ኣቀራርባ መሥዋዕቲ ንካህን ክትነቕፎ ሥልጣን የብልካን፡ እቲ ካህን ከምዚ ዝበለ ክሠርሕ እንተረኣኻዮ ኃዲምካ ናብ ካልእ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፳፪	ዘሠለስቱ ምዕት ም. 22
መካን ወኢትኰንኖ ። ዘፀአ ፳፪፡፳፰። ግብ ሐዋ ፳፫፡፭-፮። ሮሜ ፲፪፡፲ ።	ቦታ ኪድ እምበር ኣይትንቀፎ፡ ኣይትዝለፎ ። ዘፀአ 22፡28። ግብ ሓዋ 23፡4-6። ሮሜ 12፡10 ።
፲፫ ወለእመ ዐቀበ ዘንተ ትእዛዘ ዘአቅደምነ ወጸሐፍናሆሙ ወተዐቅበ እምነ ኵሉ ስሕተት ወፈጸመ ሥርዓቶ በሃይማኖት ወበንጽሕና ወበትሩፋት ዘምግባረ ሠናይ በከመ ፈጸምዎ ቅዱሳን ሐዋርያት ይከውን ለሙ፡ ዐቢይ መዐርግ ዘሥን ወስብሐት ዐቢይ ድልው ለሙ፡ እምነበ እግዚኣብሔር ። ፪ጢሞ ፬፡፮-፲። ፩ጴጥ ፭፡፬-፭ ።	13 ካህን ነዞም ኣቐዲምና ዝጸሓፍናዮም ትእዛዛት እንተሓለወ፡ ካብ ኵሉ ስሕተት እንተ ተሓለወ፡ ብሃይማኖት ብንጽሕና ብትሩፋት ብሠናይ ግብሪ ጸኒዑ ከምቲ ቅዱሳን ሓዋርያት ዝፈጸምዎ ሥርዓቱ እንተፈጸመ ፍጹም ክብርን ዓቢይ መዓርግን ካብ እግዚኣብሔር ኪወሃቦ እዩ። 2ይ ጢሞ 4፡6-10። 1ይ ጴጥ 5፡4-5።
፲፬ ዛቲ ይእቲ ትእዛዝ ለሃይማኖት እንተ አቅደምነ ወጸሐፍናሃ ለእመ ገበርከ ዘንተ ትእዛዘ ወዐቀብከ ሃይማኖተ አማን ትከውን አንተ ረድኦ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለሙ፡ ክብር ወስብሐት ምስለ አቡሁ ኀር ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	14 እታ ኣቐዲምና ዝተዛረብናያን ዝጸሓፍናያን ትእዛዝ ሃይማኖት እዚኣ እያ። ነዚ ትእዛዝ እዚ እንተፈጸምካ ሃይማኖት ውን እንተሓሸካ ብሓቂ ንሸካ ናይቲ ምስ ለዋኅ አቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ክብርን ምስጋናን ናቱ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዋርያ ክትከውን ኢኻ፡ ለምን ንኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም አሜን።
፲፭ ወኵሉ ዘይትቃወም ዘንተ ዘአቅደምነ ወተናገርናሁ ተቃዋሚሁ ለእግዚአ ብሔር ውእቱ ይኅሥሥ ዘንተ ውስተ መጻሕፍተ እግዚአብሔር ወይነጽር ውስተ መዛግብተ ቤተ ክርስቲያን አሜሃ የአምር ከመ እግዚአብሔር አዘዘነ ዘንተ ኵሎ ። ዮሐ ፭፡፴፱። ፩ቆሮ ፲፬፡፴፮-፵። ፩ጢሞ ፬፡፲፮። ፪ጴጥ ፩፡፳-፳፩ ።	15 ነዚ ኣቐዲምና ዝተዛረብናዮ ትእዛዝ ዘፍርስ ኵሉ ተቓዋሚ እግዚኣብሔር እዩ። እዚ ሰብዚ እግዚኣብሔር ኣብ ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ነዚ ይመርምር፡ኣብ ውሽጢ መዛግብቲ ቤተ ክርስቲያን ውን ይመልከት። ሽዑ ነዚ ኵሉ እግዚኣብሔር ከምዝኣዘዘና ክፈልጥ እዩ። ዮሓ 5፡39። 1ይ ቆሮ 14፡36-40። 1ይ ጢሞ 4፡16። 2ይ ጴጥ 1፡20-21።
፲፮ ወንሕነሰ ኢዘከርነ ብዙኃ ነገረ ኢፈቀድነ ንጽሐፍ ብዙኃ ስምዐ ወኵሉ ዘይዌስክ ዲበ ዘጸሐፍነ ውስተ ዛቲ መጽሐፍ አው ዘያሐፅፅ እምኔሁ አው እምነ መጽሐፍ ዘይጽሕፍ እምኔሁ እስመ ያወሥእ በእንቲአሁ። ማቴ ፲፪፡፴፯-፴፯። ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፰-፳፩። ዘዳግ ፬፡፪ ። ፲፪፡፴፪ ።	16 ንሕናስ ብዙኅ ነገር ኣይተዛረብናን፡ ብዙኅ ምስክር ውን ክንጽሕፍ ኣይፈተናን። ኣብዚ ልዕሊ'ዚ ጽሒፍናዮ ዘሎና ዚወሰኽ ወይ ካብኡ ዜጕድል፡ ወይ ካብኡ ካብ ዝጽሓፍ መጽሓፍ ውን ኣብ ምቕድሑ ዚውሰክን ዜጕድልን እንተኾይኑ ኣብ ፍትሒ (ፍርዲ) እግዚኣብሔር ክሕተተሉ እዩ። ማቴ 12፡36-37። ራእ ዮሓ 22፡18-21። ዘዳግ 4፡2። 12፥32 ።
፲፯ ወሶበ ነሥአ ቈስጠንጢኖስ ዘንተ መጽሐፈ ቅዱሰ ዘውስቴቱ ሃይማኖት	17 ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ፡ ነዚ ሃይማኖት ዝተጻሕፎ ክቡር መጽሓፍን ነዚ

ዘሠለስቱ ምዕት ም. ፷፪፡ዘአትናቴዎስ ም.፷፫	ዘሠለስቱ ምዕት ም.22፡ ዘአትናቴዎስ ም.23
ወዘንተ ቀኖና እምአበዊነ ኤጲስ ቆጶሳት ንጹሐን ተፈሥሐ ባቲ ጥቀ እስመ ሕጉ ለእግዚአብሔር ቅድስት ይእቲ።	ሥርዓት'ዚን ካብቶም ንጹሓን ኣቦታትና ኤጲስቆጶሳት ምስ ተቐበለ ብእኣ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ከመይ እታ ሕጊ እግዚኣብሔር ቅድስቲ ስለዝኾነት።
፲፰ ወጸሐፉ ውእቱኒ ወኮሉ እለ ሀለዉ ውስተ ቤተ መንግሥት ወረሰያ ለሥቱ ከመ ርስት ዐቢይ ወፈነዋ ጽሒፎ ውስተ ኮሉ በሐውርት ወተፈሥሑ ባቲ ወሰብሕዎ ለእግዚአብሔር ኮሎሙ አሕዛብ ወንጉሢ ሰገደ ለአበዊነ ቅዱሳን ኤጲስ ቆጶሳት። ፪ጢሞ ፫፡፲፩-፲፭	18 ንሱ ጸሓፋ፡ ኮሎም እቶም ኣብ ቤተ መንግሥቲ ዘለው ውን ጸሓፍዋ። ከም ዓቢይ ርስቲ ውን ገበራ፡ ጽሒፉ ውን ናብ ኮሉ ሃገራት ሰደዳ። ኮሎም ኣሕዛብ ውን ብእኣ ደስ ኢልዎም ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ።እቲ ንጉሥ ውን ነቶም ቅዱሳን ኣቦታትና ኤጲስ ቆጶሳት ሰገደ። 2ይ ጢሞ 3፡15-17።
፲፱ ወሰአሎሙ ከመ የሀቡ ለመንበረ ቀሲስጥንጥንያ ከመ ይኩን ሊቀ ወከመ ይሠየም ኤጲስ ቆጶሰ ዚአሃ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ወከማሁ ካዕበ ኤጲስ ቆጶስ ዘኢየሩሳሌም።	19 ንመንበር ቀሳጥንጥንያ ናይ ሊቀ ጳጳሳት ንክህቡ ለመኖም። ናታ ኤጲስቆጶስ ውን ሊቀ ጳጳሳት ንክሸውንን ርእሰ ኤጲስቆጶሳት ተባሂሉ ንክሸየምን ልክዕ ከምኡ ኤጲስቆጶስ ናይ ኢየሩሳሌም ድማ ሊቀ ጳጳሳት ክበሃል ለመኖም።
፳ ወሶበ ርእዩ ኤጲስ ቆጶሳት ይዋሂሁ ለንጉሥ ወትሕትናሁ ወአፍቅሮቶ እግዚአብሔርሃ ወጸሕቆ በእንተ ሃይማኖት ዘሥሉስ ቅዱስ ገብሩ ሥምረቶ ወባረኩ አበዊነ ኤጲስ ቆጶሳት ንጹሐን ላዕለ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ጻድቅ።	20 እቶም ኤጲስቆጶሳት ድማ ናይቲ ንጉሥ ለውሃቱን ትሕትናኡን፡ ንእግዚኣብሔር ምፍታዉን ብሥላሴ ንምእማን ምትግሁን ምስ ርኣዩ ፍቓዱ ፈጸምሉ። እቶም ንጹሓን ኣቦታትና ኤጲስቆጶሳት ውን ንጻድቕ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ባረኽዎ።
፳፩ ወሐረ ኮሉ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ብሔሮ እንዘ ይሴብሑ ለእግዚአብሔር እግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለሥቱ ይደሉ ኮሉ ስብሐት ወክብር ወስግደት ምስለ ኄር አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ማኅየዊ ዘዕ ሩይ ምስሌሁ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓ ለመ ዓለም አሜን።	21 ካብኣም ኮሉ ነፍስ ወከፍ ድማ ንፈጣሪናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እናመስገነ ናብ ሃገሩ ከደ፡ ምስቲ ለዋኅ ኣቦኡን ምስኡ ማዕረ ዝኾነ ዘድኅን መንፈስ ቅዱስን ፍጹም ምስጋናን ክብርን ስግደትን ንእኡ ዝግባእ ሎምን ንኮሉ ሳዕ ንዘለዓለም አሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፷፫ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 23 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ብፁዕ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል አስተጋቢሮ ነገረ ምስለ ማኅበረ ኒቅያ።	1 ንሓዋርያት ዝመሰለ፡ ብፁዕ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣትናቴዎስ ብዛዕባ ቃለ እግዚኣብሔር ሰብ ምኻኑ፤ ምስቲ ናይ 318 ሊቃውንቲ ማኅበር ኒቅያ ኣሕቢሩ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳን ከምዚ በለ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፫	ዘአትናቴዎስ ም. 23
፪ ነአምን በወልደ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምአብ በመለኮት ቅድመ እምቅድመ ዓለም ዘአልቦቱ ጥንት ለልደቱ ወካዕበ ተወልደ እማርያም እምቅድስት ድንግል በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ በከመ መሀረነ ብፁዕ ሐዋርያ ዘይቤ እስመ ሶበ በጽሐ ዕድሜ መዋዕል ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት። ሮሜ ፩፡፫። ገላ ፬፡፬	2 ንልደቱ ጥንቲ ብዘይብሉ፡ ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ብመለኮቱ ካብ "አብ" ብዝተወልደ፡ ዳግማይ ውን ንኣና ንምድኃን ብዳኅራይ ዘመን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝተወልደ ብወዲ እግዚአብሔር ንኣምን ኢና። ጊዜኡ ምስ ኣኸለ እግዚአብሔር ንወዱ ለኣኸ፡ ካብ ድንግል ከኣ ተወልደ ክብል እቲ ብፁዕ ሐዋርያ ከምዝመሃረና። ሮሜ 1፡3። ገላ 4፡4።
፫ ወዝንቱ ዋሕድ ውእቱ አምላክ ወውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ወወልደ እጓለ እመሕያው በሥጋ ወአኮ ዘንብል በእንተ ዝንቱ ለወልድ ዋሕድ ቦቱ ፪ቱ ህላዌ ለ፩ዱ ዘንሰግድ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ አላ ፩ዱ ህላዌሁ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተሰብአ ወንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	3 እዚ ሓደ ኣምላኽ እዩ። ብመለኮት ወዲ እግዚአብሔር፡ ብሥጋ ከኣ ወዲ ኣዳም እዩ። ወዲ እግዚአብሔር ወዲ ኣዳም ስለ ዝኾነ ከኣ ንወልድ ዋሕድ ኑቲ ሓደ ንሰግድ ኑቲ ሓደ ግና ዘይንሰግድ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ እንብል ኣይኮንናን።ሰብ ዝኾነ ኣካል እግዚአብሔር ባህሪኡ ሓደ እዩ። ካብ ሥጋኡ ከይፈለና ሓደ ጌርና ደኣ ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ።
፬ ወኢንቤ ፪ቱ ውእቱ ፩ዱ እምእግዚአብሔር ዘበአማን ወሎቱ ንሰግድ ወካልእ ውእቱ ብእሲ እማርያም ወኢንሰግድ ለውእቱ እስመ ኢኮነ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በጸጋ ከመ ወልደ እጓለ እመሕያው ወባሕቱ ዝውእቱ እምእግዚአብሔር ውእቱ እግዚአብሔር ከመ እቤ ቀዳሚ።	4 ክልተ እዩ ኣይንብልን። እቲ ሓደ ካብ እግዚአብሔር ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ ንእኡ ንሰግድ ፡ እቲ ካልእ ድማ ካብ ማርያም ዝተረኽበ ሰብ እዩ ንእኡ ግና ኣይንሰግድን ኣይንብልን ኢና። ንሱ ካብ ሰብ እኳ እንተተወልደ ብጸጋ ወዲ እግዚአብሔር ኣይኮነን እሞ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ካብ እግዚአብሔር ዝተረኽበ እግዚአብሔር እዩ።
፭ ወውእቱ ወልድ ዋሕድ ዘእግዚአብሔር ወውእቱ ክመ ዘተወልደ ካዕበ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በሥጋ በደኃሪ መዋዕል ወአኮ ውእቱ ካልዕ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰	5 ንሱ ሓደ ወዲ እግዚኣብሔር እዩ። ከምኡ ውን ብዳኅራይ ዘመን ብሥጋ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ንሱ እዩ። ካልእ ኣይኮነን። ዮሓ 1፡1-18።
፮ በከመ ይቤላ መልአክ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ሶበ ተስእለቶ እንዘ ትብል እፎኑ ይከውንኒ ዝንቱ እንዘ ኢየአምር ብእሴ ወይቤላ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኀይለ ልዑል ይጼልለኪ ወዘኒ ትወልዲዮ ቅዱስ	6 እቲ መልኣኽ ንወላዲት ኣምላኽ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ገይረ ክወልድ ይከኣለኒ፡ ኢላ ምስ ሓተተትዎ መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ ኃይሊ እግዚኣብሔር ካብ ኃጢኣት ክሕልወኪ እዩ። እዚ እትወልድዮ ድማ ምስጉን ናይ ባህርይ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፫	ዘአትናቴዎስ ም. 23
ውእቱ ወይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ልዑል ። ሉቃ ፩፡፴፪-፴፬	ኣምላኽ እዩ። ናይ እግዚአብሔር አብ ናይ ባህርይ ወዱ ውን ኪበሃል እዩ ከምዝበላ። ሉቃ 1፡26-39።
፯ ወዘሰ ተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በህላዌ ወውእቱ አምላክ ዘበአማን ወአኮ በጸጋ ወኢበሰታፋ መለኮት ውእቱ ሰብእ ዘበሥጋ ባሕቲቱ ወውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ወውእቱ አምላክ ወውእቱ ወልድ ፩ዱ ባሕቲቱ ። ይሁ ፩፡፬	7 ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ናይ እግዚአብሔር ናይ ባህርይ ወዱ እዩ። ንሱ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። መለኮት ኃዲርዎ ብጸጋ ዝኸበረ ኣይኮነን። ሥጋ ብምውሕሓድ ሰብ ዝኾነ ንሱ ጥራይ እዩ። ብመለኮት ወዲ እግዚአብሔር እዩ፡ ኣምላኽ ውን እዩ። ንሱ ወልድ ሓደ ጥራይ እዩ ። ይሁ 1፡4።
፰ ወሐመ በሕማመ ዚአነ በከመ ጽሑፍ እስመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ በእንቲአነ እንዘ ኢየሐምም በመንፈስ ወካዕበ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ኢምሕከ ወልዶ ዋሕደ አላ መጠዎ በእንቲአነ ቤዛ ኵልነ ። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፲፱። ሮሜ ፰፡፴፪	8 ናትና መከራ ተቐበለ፡ ብመለኮቱ መከራ ዘይቀርቦ ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ መከራ ተቐበለ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ። ከምኡ ውን እግዚአብሔር ምእንታና ምእንቲ ኮላትና በኻ ገይሩ ነቲ ሓደ ወዱ ንሕማም ንሞት ዝሃቦ እምበር ዝይነሓፎ ተባሂሉ ከምዝተነግረ። 1ይ ጴጥ 3፡8-19። ሮሜ 8፡32።
፱ ወነበረ ዘከመ ቀዲሙ ዘእንበለ ሕማም ወኢውላጤ እስመ ኢይትዌለጥ በመለኮት በከመ ይቤ ነቢይ እስመ አነ ውእቱ እግዚአብሔር ዘኢይትዌለጥ። ሚል ፫፡፮	9 ከምቲ ቅድም ሕማምን ምልዋጥን ዘይብሉ ኮይኑ ነበረ፡ ኣብ ነቢይ ኃዲሩ “ኣነ ዘይልወጥ ኣምላኽ እየ” ከምዝበለ ብመለኮቱ ዘይልወጥ እዩ። ሚል 3፡6።
፲ ወሞተ በሞተ ዚአነ በእንተ ኃጢአትነ ከመ ያጥፍኦ ለሞት በሞቱ ቤዛነ በከመ ይቤ ሐዋርያ ተሰጥመ ሞት በተመውያ አይቴ ቀኖትከ ሞት አይቴ ሙዓትከ ሲኦል። ኢሳ ፳፭፡፰። ሆሴ ፲፫-፲፬። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፬-፶፰።	10 ኃጢኣትና ንምስትሥራይ ንኣና ዝግባእ ሞት ሞተ። በኻና ብዝኾነ ሞቱ ንሞት ምእንቲ ከጥፍእ እዩ። ከምቲ ሓዋርያ “ሞት ብዓወት ተዋሕጠ፡ ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ ጽንዓትካ፡ መቓብርከ ኣበይ ኣሎ ዓ ወትካ፡ ዝበሎ። ኢሳ 25፡8። ሆሴ 13፡14። 1ይ ቆሮ 15፡54-58 ።
፲፩ ሞተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በእንተ ኃጢአትነ በከመ ጽሑፍ ወነበረ ዘኣመ ቀዲሙ ለዓለም እንዘ ኢመዋቲ በመለኮቱ ወኢይትአጎዝ በሞት እስመ ጎይሉ ውእቱ ለእግዚአብሔር አብ ዘኢየሐምም።	11 ከምዝተጻሕፈ ኃጢኣትና ንምስትሥራይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሞተ። ከምቲ ቅድም ብመለኮቱ ሞት ዘይነበሮ ንዘለዓ ለም ከኣ ይነብር። ብሞት ውን ኣይተኃዝን እዩ። ከመይ ናይቲ ዘይሓም ም እግዚኣብሔር አብ ኃይሉ እዩ።
፲፪ በከመ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ እስመ ኢክህለ ሞት እኂዞ ወዐርገ ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አብ ዘውእቱ	12 ሓዋርያ ጴጥሮስ ከምዝበሎ፡ ሞት ክጎዞ ኣይከኣሎን እዩ። ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ማዕረ አብ ውን ተቐመጠ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፫	ዘአትናቴዎስ ም. 23
ቃል በሥጋሁ ዘአልዐለሎ እምነ ምድር። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬። ፩ጴጥ ፫፡፳፪ ።	እዚ ዕርገት'ዚ ቃል ቡቲ ካብ ኣዳም ወሲዱ ዝተዋሓዶ ሥጋ ዝፈጸሞ እዩ። ግብ ሐዋ 2፡24። 1ይ ጴጥ 3፡22።
፲፫ በከመ ይቤ ዳዊት ነቢይ በመዝሙር እንዘ ይኤምር ቃለ እግዚአብሔር ይቤሎ እግዚእ ለእግዚእየ ንበር በየማንየ ። መዝ ፻፱(፻፩)፡፩-፻፩። ፻፩(፻፱)፡፩። ግብ ሐዋ ፪፡፳፭-፳፱። ማቴ ፳፪፡፵፩-፵፮ ።	13 ነቲ ቃለ እግዚአብሔር ክሕብር፣ ጐይታ (አብ) ንጐይታይ (ወልድ) ብየማነይ ተቐመጥ በሎ ክብል ነቢይ ዳዊት ኣብ መጽሓፉ ከም ዝበሎ። መዝ 16(15)፡6-11። 110(109)፡1። ግብ ሐዋ 2፡25-29።ማቴ 22፡41-46።
፲፬ እስመ ውእቱ ኢይትገመር በመለኮቱ አላ ውእቱ ያገምር ኮሎ መካናተ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወውእቱ ቀዳማዊ እምቀዳማዊ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ብሉያነ መዋዕል። መዝ ፺፭(፺፬)፡፩-፭። ኢሳ ፷፮፡፩። ዮሐ ፩፡፩-፬ ።	14 ከመይ ቃል ብመለኮቱ ኣይውሰንን እዩ፣ ንሱ ምስ ኣብን ምስ መንፈስ ቅዱስን ደኣ ንሰማይን ምድርን ይውስን እምበር። ካብ ቀዳማዊ ኣብ ዝተረኽበ ንሱ ቅድሚ ዘመን ምስ ዝነበሩ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ።መዝ 95(94)፡1-7። ኢሳ 66፡1። ዮሓ 1፡1-4።
፲፭ እስመ ጎይሉ ውእቱ ለእግዚአብሔር አብ ዘኢይትረከብ በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ እስመ ክርስቶስ ጎይሉ ለእግዚአብሔር ወጥበቡ ለእግዚአብሔር።፩ቆሮ ፩፡፳፬	15 ክርስቶስ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ፣ ጥበብ እግዚኣብሔር እዩ ክብል ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተዛረበ፣ ዘይምርመር ናይ እግዚኣብሔር ኣብ ኃይሉ እዩ። 1ይ ቆሮ 1፡24።
፲፮ ወይመጽእ ዝንቱ ፩ዱ አምላክ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ይኩንን ሕያዋነ ወሙታነ በከመ አሰፈወ በከመ ይቤ ሐዋርያ እስመ ዘይኬንኖ ለጎቡዕ እምጽልመት ወይከሥት ሕሊናተ አልባብ ይመጽእ በክብር ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ። ማቴ ፳፭፡፩-፵፮። ፩ቆሮ ፬፡፭ ።	16 ንሕያውንን ምዉታንን ኪፈርድ፣ ንሱ እዚ ሓደ ኣምላኽ ቀዳምን ተኸታልን ዘይብሉ ወዲ እግዚኣብሔር “ኪመጽእ እየ” ከምዝበለ ኪመጽእ እዩ። ብሥዉር ንዝተገብረ መርሚሩ ዝፈርድ፣ ሓሳብ ልቢ ዝገልጽ ንሱ ብኽብሪ ኪመጽእ እዩ፣ንኵሉ ውን ከከምግብሩ ኪኸፍሎ እዩ ክብል ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተዛረበ። ማቴ 25፡2-46። 1ይቆሮ 4፡5።
፲፯ ወዘይሜህር ካልኣ እምዝንቱ ትምህርት ዘውእቱ እመጻሕፍተ እግዚአብሔር ወይቤ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ካልእ ውእቱ እምብእሲት ዘተወልደ እማርያም ወይሬስዮ ወልደ በጸጋ ከማነ እስከ ይከውን ፪ኤ ፩ዱ ህላዌ ወልደ እግዚአብሔር ካልእ በጸጋ ውእቱ ብእሲ ዘእማርያም ድንግል።	17 እግዚኣብሔር ካብ ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ዝተረኽበ ካብዚ ትምህርት እዚ ወጻኢ ካልእ ዝምህር፣ ወዲ እግዚኣብሔር ካብ ማርያም ዝተወልደ ፍሉይ እዩ ንዝብል፣ እቲ ሓደ ኣካል ወዲ እግዚኣብሔር እቲ ካልእ ኣካል ከኣ ካብ ማርያም ዝተወልደ ብጸጋ ዝኸበረ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ብማለት ክሳዕ ክልተ ምባል በጺሑ ከማና ብጸጋ ዝኸበረ ወዲ ጸጋ እዩ ንዝብል።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፫

፲፰ ወዘይቤ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ እምሰማይ ወአኮ ውእቱ እማርያም ድንግል አው ዘይቤ ተመይጠ መለኮት ለከዊነ ትስብእት አው ተቆስሐ ምስሌሁ አው ተወለጠ አው ዘይብል መለኮቱ ለወልድ ሐመ አው ዘይቤ ለሥጋ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢይሰግድ ሎቱ እስመ ሥጋ ሰብእ ውእቱ ባሕቲቱ ወኢይቤ እሰግድ ሎቱ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ አምላክ ውእቱ ወለእለኒ ይብሉ ከመዝ ታወግዞሙ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሰሚዓ ቃለ ሐዋርያሁ ለወልደ እግዚአብሔር እንዘ ይብል ኮሉ ዘይሜህረክሙ ካልአ እምዘመህር ናክሙ ውጉዘ ለይኩን። ገላ ፩፡፮-፲

ዘአትናቴዎስ ም. 23

18 ከምኡ ውን ጐይታና ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ከምዝተረክበ እምበር ካብ ድንግል ማርያም ከም ዘይተረክበ ገይሩ ንዝዛረብ፡ ወይ መለኮት ናብ ሥጋ ተለወጠ ወይ ምስኡ ተሓዋወሰ ወይ ተለወጠ ወይ ወልድ ብባህርዩ ሐመመ ንዝብል፡ ወይ ከኣ መለኮት ዘይተዋሓዶ ናይ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋ ስለዝኾነ ጐይታና ንዝተዋሓዶ ሥጋ ኣይሰግድን እየ ንዝብል፡ ናይ ጐይታና ሥጋ ኣምላኽ እዩሞ ክሰገደሉ እየ ንዘይብል፡ ከምዝን ከምትን ንዝብሉ ወዲ እግዚኣብሔር ዝሾሞ ሓዋርያ፡ ንሕና ካብ ዝመሃርናኩም ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ ዝምህረኩም ኮሉ ዝተወገዘን ዝተፈልየን ይኹን ንዝበሎ ቃል ጒዛ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ተውግዞምን ትፈልዮምን እያ። ገላ 1፡6-10።

ክፍል ፪

፲፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሃይማኖት እሉሂ ካልኣን ቦኡ ውስተ ሕፀተ ሃይማኖት በእንተ ተኃሥሦሙ ወተስዕሎሙ እንዘ ይብሉ በኣይ ኣርኣያ ወኣምሳል ይከውን እግዚኣብሔር ሰብኣ።

፳ ወህየንተ ትሥጉት ፈጠሩ ሎሙ ፈጠራ ወይቤሉ እስመ እግዚእ ኃደረ ውስተ ብእሲ ወህየንተ ተዋሕዶተ መለኮት ወትስብእት ወኅብረት በበይናቲሆሙ ፈጠሩ ግብረ እንግለ እመሕያው ህየንተ ፩ዱ ኣካል ዘእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተኣመኑ በ፪ኤ ኣካል ወበ፪ኤ ህላዌ ወበ፪ኤ ገጽ ህየንተ ዘይደሉ ኣሚን በሥሉስ ቅዱስ ኣምኑ ረቢያሙ በግብር ዘኢኮነ ሠናየ።

፳፩ ወዝ ዕልወት ዘኢይደሉ ወዘኢይበቍዕ እስመ ኣስተኣንዙ ብእሴ ምስለ ኣምላክ ወረሰይዎ ለገብር ምስለ እግዚእ ወኰለቁ ኣካለ ራብዓየ ነኪረ ምስለ ኣካላት እለ ኢተፈጥሩ።

18 “ሰብ ኮነ” ክንዲ ዝብሉ ርእሶም ንምጕዳእ ልብ ወለድ ነገር ፈጢሮም “እግዚኣብሔር ኣብ ሰብ ኃደረ” በሉ፡ “መለኮትን ትስብእትን ተዋሒዶም ሓደ ኮኑ” ክንዲ ዝብሉ ሰብ ዝሥርሖ ነገር ፈጢሮም ተዛረቡ። “ኣካል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ” ክንዲ ዝብሉ “ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ክልተ ገጽ” ብምባል ኣመኑ። ብሠለስተ ኣካላት ክንዲ ዝኣምኑ ክኣምንዎን ክምህርሉን ብዘይግባእ ተግባር ኣርባዕተ ኢሎም ኣመኑ።

21 እዚ ከኣ ዘይግባእን ዘይረብሕን ክሕደት እዩ። ከመይ ንፍጡር ምስ ፈጣሪ፡ ንግዙእ ውን ምስ ገዛኢ ሓደ ገይሮምዎ እዮም። ምስቶም ዘይተፈጥሩ ኣካላት ፍሉይ ራብዓይ ኣካል ኣሎ ውን በሉ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፭፫፡ ፭፬

፭፪ ወበዕልወቶሙ ይዌስኩ ውስተ ሥላሴ ካልአ አሐደ አካለ ፍጡረ እምድኅረ ኮሎሙ መናፍስት ነባብያን ወይሰግዱ ረቢያሙ ህየንተ ሥላሴ። ፩ጢሞ ፩፡፲፱-፳።፬፡፩። ፪ጢሞ ፪፡፲፯-፲፱። ፪ጴጥ ፪፡፩-፲፫።

፭፫ ወእሙንቱ ርጉማን ወርጉመ ይኩን ዘይተሉ ትምህርቶሙ። ማቴ ፳፭፡፵፩። ፪ጴጥ ፪፡፲፬-፳፪።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፭፬ ክፍል ፫

፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ሊቀ ጳጳሳት ሶበሰ አንተ ኀሠሥከ ካዕበ በርቱዕ ወፈቀድከ ትጠይቅ ግብሮሙ ሀለወከ ትርከቦሙ ያወጽእዎ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እምውስተ ሥላሴ ከመ ገብር ወከመ ብእሲ ፍጡር።

፪ ወኢይሰግዱ ሎቱ ወባሕቱ ይቤሉ ፈድፋደ እስመ ውእቱ ይሰግድ ወይትቀነይ ለሥሉስ ቅዱስ ከመ ኮሉ ሰብእ ወይገኒ ሎሙ በከመ ተርጕሙ ሎሙ ዘንተ መርቅልስ ወጳውሎስ ሳምሳጢ ዐላውያን ወይቤሉ ዘኢይደሉ ወዘኢይትናገሩ መጻሕፍት አምላካውያት ወሐዋርያት።

፫ ወይተረጉምዎሙ በከመ ፈቀዱ ኀቢሮሙ በ፩ዱ ምክር ባሕቲቶሙ እንዘ ይብሉ እስመ ሶበ አግነየ ሎቱ ኮሎ አሜሃ ይገኒ ወልድኒ ካዕበ ለዘረሰየ ኮሎ ይግነይ ሎቱ ከመ ይኩን እግዚአ ኮሉ በውስተ ኮሉ ወበከመ ውእቱ ዘእንበለ ሥጋ ውስተ ኮሉ እምቅድመ ትሥጉት ወካዕበ ሶበ ለብሰ ። ፪ጴጥ ፫፡፲፮-፲፰።

፬ ወብእሲሰ ዘተሠገወ ቦቱ ይቤሉ ከመ ውእቱ ኀሉቅ ምስለ ኮሎሙ ይገኒ ወይሰግድ ለእግዚአብሔር ነጽሩ ዘከመ እፎ ወድቁ ውስተ ዕበደ ስሕተት ከመዝ ወእሙንቱ ይሔልዩ ከመ

ዘአትናቴዎስ ም. 23 ፡ 24

22 በቲ ክሕደቶም ድማ ኣብ ልዕሊ ሠለስተ ኣካላት ድኀሪ መላእኽቲ ዝተፈጥረ ካልእ ሓደ ኣካል ስለዝወሰኹ ክንዲ ሠለስተ ምባል ኣርባዕተ ኢሎም ይሰግዱ። 1ይ ጢሞ 1፡19-20።4፡1። 2ይ ጢሞ 2፡16-19። 2ይ ጴጥ 2፡1-13።

23 እዚኣቶም ዝተረግሙ እዮም፡ ንትምህርቶም ዝሰዓበ ውን ዝተረግመ እዩ።ማቴ 25፡41።2ይ ጴጥ 2፡14-22።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 24 ክፍሊ 3

1 እዚ ቅዱስ ኣቦ ሊቀ ጳጳሳት ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፡ ንሰኻ ብዝግባእ ደጋጊምካ እንተመርመርካ ነቲ ተግባሮም'ውን ኽትፈልጥን ክትርዳእን እንተፈቐኻ፡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጡር ግዙእ ገይሮም ካብ ሥላሴ ኣውጺኦሞ ትረኽቦም።

2 ከምቲ ከሓድቲ ጳውሎስ ሳምሳጢን መርቅልስን(መርቅያን)ዝተርጐሙሉም፡ ኣውራ ንሱ ከም ኮሉ ሰብ ንሥላሴ ይሰግድ የገልግል ይግዛእ ይብሉ እምበር ንእኡ ኣይሰግዱሉን እዮም። ሓዋርያት ዝመሃርዎን ኣምላኽ ኣዚዙ ዘጽሓፎም መጻሕፍትን ዘይበልዎን ዘይግባእ ነገር ይዛረቡ ኣለዉ።

3 ካብ መምህራን ተፈልዮም ብሓደ ምኽሪ ሓቢሮም፡ "ሥጋ ከይተዋሓደ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ብጐይትነት ብምልኣት ዝነበረ፡ ሰብ ምስ ኮነ ውን ብጐይትነት ብምልኣት ዘሎ እንከሎ፡ ብኮሉ ንኮሉ ገዛኢ ንክኸውን ንኮሉ ኣብ ዝገዝኣሉ ጊዜ ነቲ ኮሉ ኽግዝኣሉ ዝገበረ ንኣብ፡ ወልድ ውን ይግዛእ" እናበሉ ከምዝደለይዎ ይትር ጕምዎ ኣለዉ። 2ይ ጴጥ 3፡16-18።

4 "እቲ ዝኃደሮ ሰብ ምስ ኮሎም ፍጡራን ከም ሓደ እዩ፡ ንእግዚኣብሔር ይሰግድ ይግዛእ" በሉ። ብከመይ ዝበለ ድንቁርና ከምዝተታጎዙ ፍለጡ፡ ርእሶም ፈላጣት ጌሮም ይሓስቡ እዮም። እዚ ውድቀትዚ ፍልጠት ምስእንን ብዝኒ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፬	ዘአትናቴዎስ ም. 24
ጠቢባን እሙንቱ ርእዩ ዕበየ ዝንቱ ኃጢአ ልቡና ወዕበድ ዘወድቁ ውስቴቱ እስከ ፈጠሩ ሎሙ ዘኢሀሎ ውስተ መጻሕፍት ወዘኢይትረከብ ። ኢሳ ፭፥፲፱-፳፩። ዮሐ ፲፥፵፩-፵፭።	ዕብዳንን እዩ። ኣብ መጻሕፍቲ ዘየልቦን ዘይርከብን ካብ ልቦም ኣንቂያም ክሳብ ምዝራብ በጺሖም። ኢሳ 5፡19-21። ዮሐ 8፡44-45።
፭ ወዓዲ ዘከሩ ስሕተተ ብዙኃን ወኢዐለዉ ሃይማኖተ ባሕቲታ አላ ሠርዑ ወገብሩ ዕቅፍተ ወክሕደተ በእከዮሙ ወደረሱ ድርሳናተ ሰይጣናዊ ወአኮ መንፈሰ አምላካዊ ከመ ያስሕቱ ሰብአ። መዝ ፶(፶፩)፡፲፯-፳፪ ። ሮሜ ፩፡ ፴፪። ፪ቆሮ ፭፡፫። ፩ጢሞ ፬፡፩ ።	5 ከምኡ ውን ብዙኅ ክሕደት ተዛረቡ። ባዕሎም ጥራይ ክሒዶም ዝተርፉ ኣይኮኑን፡ በቲ ኽፍኣቶም ንካልኦ ዕንቅፋት ዝኾኑ ክሕደት ጸሓፉ፡ ንሰብ ምእንቲ ከስሕቱ ኣምላኻዊ ትምህርቲ ዘይኮነስ ሰይጣናዊ ድርሰት ደረሱ። መዝ 50(49)፡ 16-22። ሮሜ 1፡32። 2ይ ቆሮ 6፡3። 1ይ ጢሞ 4፡1።
፮ ወተአመኑ በሃይማኖት ርኵሰት ዘኢይትረከብ በውስተ ሕግ ወአርኃቁ እምኔሆሙ ተስፋ ዘሀለዎ ይኩን ሶበሰ ይሴፈዉ በዘሀለዎ ይኩን እምአምኑ በወልደ እግዚአብሔር ወበሕይኔሁ ወእምተለውዎሙ ለሐዋርያቲሁ ፈድፋደ እምሕሊና እንለ እመሕያው። ሮሜ ፩፡፳፩-፳፭። ኤፌ ፬፡፲፰-፳፩። ፪ጴጥ ፫፡-፫-፯።	6 ኣብ መጽሓፍ ብዘይርከብ ብኽልኢ ዝተነኽፈ ሃይማኖት ኣመኑ። ነቲ ክኸውን ዘለዎ ተስፋ የልቦን በሉ። ክኸውን ብዘለዎ ተስፋ ኣሚኖም እንተዝኾኑ ብወዲ እግዚኣብሔርን ብፍርዱን ምኣመኑ ነይሮም። ንክፉእ ሕሊና ካብ ምስዓብ ውን ንሓዋርያት ምመሰልዎም ነይሮም። ሮሜ 1፡21-25። ኤፌ 4፡18-21። 2ይ ጴጥ 3፡3-7።
፯ አበዊነሰ ሐዋርያት ሶበ ወጽኡ ወሰበኩ በእግዚእነ ኢየሱስ እንዘ ይታለው በበይናቲሆሙ በ፩ዱ ተሰናዕዎ ይቤሉ ከመ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ወከመ ውእቱ ተወልደ በቤተ ልሔም እምዘርአ ዳዊት በሥጋ ወኮነ ብእሴ ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጰንጠናዊ። ማቴ ፩፡፩-፲፭። ፲፮፡፲፮። ሮሜ ፩፡፫። ፩ጢሞ ፮፡፲፫።	7 ኣቦታትና ሓዋርያት ግና ነንሓድሕዶም እናተኸታተሉ ስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምምሃር ኣብ ዝወጽሉ ጊዜ ሓቢሮም፡ ንሱ ናይ ኣብ ናይ ባህርይ ወዱ ከምዝኾነ ብሥጋ ውን ካብ ዘርኢ ዳዊት ኣብ ቤተ ልሔም ከምዝተወልደ፡ ወዲ 30 ዓመት ጐበዝ ከምዝኾነ፡ ምእንታና ውን ብዘመን ጰንጠናዊ ጲላጦስ ከምዝተሰቐለ ተዛረቡ። ማቴ 10፡1-15። 16፡16። ሮሜ 1፡3። 1ይ ጢሞ 6፡13።
፰ ውእቱ ይትበሀል ብእሴ እንዘ ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ ወካዕበ ውእቱ ይሰመይ ወልደ እንለ እመሕያው እንዘ ሰማያዊ ኮነ ምድራዊ በፈቃዱ እንዘ ኢየሐምም በመለኮቱ ውእቱ ክመ ሐመ በትስብእት ወኢይትበሀል ግሙራ ከመ ውእቱ ሱቱፍ ምስለ ካልእ ወአልቦቱ ፪ቱ አካል ወኢ፪ቱ ገጽ ወኢ፪ቱ ህላዌ ለአሐዱ ወልደ እግዚአብሔር። ዮሐ ፫፡፲፪-፲፫። ፭፡፳፯። ሮሜ ፭፡፲-፲፩። ፪ቆሮ ፭-፲፬።	8 ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ ክኸውን ከሎ ሰብ ይበሃል፡ ከምኡ ኸኣ ወዲ ኣዳም ይበሃል። ሰማያዊ ከሎ ብፍቓዱ ምድራዊ ኮነ፡ ብመለኮቱ መከራ ዘይቅበል ከሎ ሰብ ብምኻኑ መከራ ተቐበለ። እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ዝኃደረ እዩ ብፍጹም ኣይበሃልን እዩ። ንሓደ ወዲ እግዚኣብሔር ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ክልተ ገጽ የብሉን። ዮሐ 3፡12-13። 5፡26። ሮሜ 5፡8-11። 2ይ ቆሮ 5፡14።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፬	ዘአትናቴዎስ ም. 24
፱ ወሶበ አምኑ በዝንቱ እምኢፈቀዱ ተነሥሦ ውተቃውሞ ወሠናየ እምኮነ ሎሙ ከመ ይእመኑ ወይትቀነዩ ወይስግዱ በአርምሞ ወበአእምሮ ዘከመ ንሕነ ነአምር ቦቱ ወንትአመን። ፩ዮሐ ፪፡፲፰-፳ ።	9 ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኢሎም እንተ ዝኣምኑ፡ ምምርማርን ምክታዕን ኣይምደለዩን ነይሮም። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ካብ ምባል ርኂቕም፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ፈሊጦም ብዘይ ክርክር ክግዝኡ ክሰግዱ፡ ሓደ ባህርይ ኢሎም ከምቲ ንሕና ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኢልና ንኣምኖ ክኣምኑ ነይርዎም። 1ይ ዮሓ 2፡18-20።
፲ ወንሕነሰ ነአምሮ ከመ አምላክ ውእቱ ሰማያዊ ዘበአማን ዘኢየሐምም ወካዕበ ነአምሮ ከመ ውእቱ እምዘርአ ዳዊት በሥጋ ሰብእ ምድራዊ ዘየሐምም ወኢንናፍቅ በአይ አምሳል ውእቱ ዘየሐምም ወዘኢየሐምም ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ውእቱ አምላክ ወውእቱ ብእሲ ። ምዕ ፫ ቊ ፮-፯። ምዕ ፬ ቊ ፲፬-፲፮ ።	10 ንሕና ግና እቲ ዘይሓምም ሰማያዊ ኣምላኽ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና።ከምኡ ውን ብሥጋ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝተረኽበ ሓማሚ ምድራዊ ሰብ ከምዝኾነ ንፈልጠ። ብከመይ ዝበለ ሥራሕ እቲ ዝሓምም ዘይሓምም ኮነ፡ ኢልና ኣይንጠራጠር። ሓደ ንሱ በይኑ ኣምላኽ እዩ፡ ሰብ ውን እዩ። ም.3 ቊ 5-7። ም.4 ቊ.14-16።
፲፩ ኢንትነሥሥ ወኢናንጌጊ ወኢንትዐቀፍ በእንተ አምሳል ዘከመ እፎ ውእቱ ከመ ኢንደቅ እምነ ሠናያት ዘንቡር ለነ። ዕብ ፪፡፩-፬። ፫፡፲፪ወ፲፬።	11 ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ከመይ ከምዝኾነ ምሳሌ ብምድላይ ኣይንመራመር ኣይንስሓት ኣይንጠራጠር። ከመይ ካብቲ ተዳልዩልና ዘሎ ክብሪ መንግሥተ ሰማያት ምእንቲ ከይንፍለ። ዕብ 2፡1-4። 3፡13ን19ን።
፲፪ ይደሉ መቅድመ ኮሉ ከመ ትእመን ወትጽናዕ በዛቲ ሃይማኖት በሕሊናከ ወእምዝ ዳግመ ሰአሎ ለእግዚአብሔር ዘሀሎ ውስተ አርያም ከመ ትጽናዕ በዝንቱ ወኢይደሉ ለከ ከመ ታጥሪ ዘንተ እምነ መትሕት እምኀበ ዘሥጋ ወደም አላ እምኀበ እግዚአብሔር ዘሀሎ ውስተ አርያም። ማቴ ፯፡፯-፲፬። ያዕ ፩-፭። ፫፡፲፭-፲፰ ።	12 ካብ ኮሉ ዝበልጽ፡ በዛ ሃይማኖት እዚኣ ብልብኻ ክትኣምንን ክትድኅንን ይግባእ። ከምኡ ውን ኣብዚ ሃይማኖትዚ ንክትጸንዕ ነቲ ኣብ ኣርያም ዘሎ እግዚኣብሔር ለምኖ። ኣብ ኣርያም ካብ ዘሎ እግዚኣብሔር ደኣ እምበር ካብ ሥጋዊ፡ ደማዊ፡ ምድራዊ ፈላስፋ ነዚ ኽትመሃር ኣይግብኣካን እዩ። ማቴ 7፡7-19። ያዕ 1፡5።3፡ 5-18።
፲፫ እስመ ከመዝ ይቤ ለሊሁ ብፁዕ አንተ ስምዖን ወልደ ዮና እስመ ኢከሠተ ለከ ዘሥጋ ወደም አላ አቡየ ዘበሰማያት አንተ ኰኵሕ ወዲበ ዛቲ ኰኵሕ አሐንፃ ለቤተ ክርስቲያንየ ወአናቅጸ ሲኦልኒ ኢይክልዋ። ማቴ ፲፮፡፲፯-፲፱።	13 ንሱ ባዕሉ ጐይታና ውን፡ ሰማያዊ አቦይ እዩ እምበር ነዚ ሥጋዊ ደማዊ መምህር ኣይገለጸልካን እሞ ኣታ ወዲ ዮና ስምዖን ብፁዕ ኢኻ፡ “ንሰኻ መሠረት ኢኻ ኣብዛ መሠረት እዚኣ ኽኣ ንቤተ ክርስቲያነይ ኽሓንፃ እየ ናይ ሲኦል ሥልጣናት ኣጋንንቲ ድማ ኣይክጎይልዋን እዮም” ክብል ተዛሪቡ እዩ። ማቴ 16፡17-19።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፬ ፥ ፳፭	ዘአትናቴዎስ ም. 24፥ 25
ምዕራፍ ፳፭ ክፍል ፬	**ምዕራፍ 25 ክፍሊ 4**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በድርሳኑ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ወበእንተ ሥርዓተ ትስ ብእቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ።	1 እዚ ሓዋርያዊ መምህር ኣትናቴዎስ ናይ ሓድነትን ሠለስትነትን፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ምኻኑ ነገርን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፪ ወንሕነሰ አኃዊነ ነአምን ከመዝ ወንብል ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር አብ ዘኢተወልደ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ መንፈሰ አብ ወወልድ ዘይነፍሕ ኀበ ፈቀደ። ማቴ ፳፰፡፲፱። ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ፫፡፭-፲፬።	2 ኣኀዋትና ንሕናስ ከምዚ ኢና ንኣምን፡ ዘይተወልደ እግዚኣብሔር ኣብ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ እዩ፡ ዝተወልደ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ እዩ። ኣብ ዝፈተዎ ዝኾድር ናይ ኣብን ወልድን እስትንፋስ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ውን ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ እዩ ንብል። ማቴ 28፡19። ዮሓ 1፡1-18። 3፡8-14።
፫ አብሰ ኢተወልደ አላ ውእቱ ወላዲሁ ለወልድ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወወልድኒ ተወልደ እምእግዚአብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወመንፈስ ቅዱስሂ ሠረፀ እምእግዚአብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም።	3 ኣብ ኣይተወልደን፡ ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ንወልድ ዝወለደ እዩ እምበር። ወልድ ውን ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ተወልደ። መንፈስ ቅዱስ ውን ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ሠረፀ።
፬ አምላክ ውእቱ አብ ወአምላክ ውእቱ ወልድ ወአምላክ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ ወኢይትበሀሉ ፫ተ አማልክተ።	4 ኣብ ኣምላኽ እዩ፡ ወልድ ኣምላኽ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣምላኽ እዩ። ግና ሓደ ኣምላኽ እምበር ሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይበሃሉን እዮም።
፭ መዝራዕቱ ወየማኑ ለአብ ውእቱ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስሂ ውእቱ ምክሩ ወመጻሕፍትሂ ቅዱሳት ያቤይና ከመ ፩ዱ ውእቱ መለኮት ዘሥሉስ ቅዱስ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እስመ ፩ዱ ውእቱ መለኮት ። ዘፍጥ ፲፰፡፩-፲። ዘዳግ ፮፡፬። መዝ ፴፫(፴፪)፡፮-፯። ፻፲፰(፻፲፯)፡፲፮። ኢሳ ፶፫፡፩። ኤፌ ፬፡፭-፮። ዮሐ ፲፭፡፳፮።	5 ወልድ የማናይ ኢድ ናይ ኣብ ቅልጽሙ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ምኽሩ እዩ። ናይ ሠለስቲኦም ኣካላት ሓደ መለኮት ከምዝኾነ ቅዱሳት መጻሕፍቲ የረድኡ እዮም። እዚኣቶም ከኣ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ እዮም። ከመይ መለኮት ሓደ እዩ። ዘፍጥ 18፡1-10። ዘዳግ 6፡4። መዝ 33(32)፡5-6። 118(117)፡16። ኢሳ 53፡1። ኤፌ 4፡5-6። ዮሓ 15፡26።
፮ ተዋሕዶቶሙ ውእቱ መለኮት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወበዝንቱ አእመርነ ከመ ፩ዱ መለኮት ዘ፫ቱ አካላት።	6 እቲ መለኮት÷ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናይ ባህርይ ሓድነቶም እዩ። ናይ ሠለስተ ኣካላት መለኮት ሓደ ከምዝኾነ በዚ ፈለጥና።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭	ዘአትናቴዎስ ም. 25
፯ እመቦ ዘይብል ለእመ ኮነ ፩ዱ መለኮት ዘ፫ቱ አካላት እስመ ሠለስቲሆሙ ኢተወላድያን እሙንቱ ወዝውእቱ እምዘኢተወልደ ይከውን ኢተወላዴ እለሰ ከመዝ ይብሉ የሐምሙ ነፍሳቲሆሙ ይትቃወሙ ሕሊና ባሕቲቶሙ እስመ ዘይወፅእ እምካልእ አኮ እምርእሱ ዘይወፅእ ወእፎ ይብልዎ ኢተወልደ።	7 ናይ ሠለስቲኦም ኣካላት መለኮት ሓደ ካብ ዝኸውን ሠለስቲኦም ዘይተወልዱ እዮም፡ ካብቲ ዘይተወልደ አብ ዝተወልደ ወልድ ውን ዘይተወልደ እዩ ዝብል ሰብ እንተሃልዩ፡ ከምዚ ዝብሉስ ርእሶም ይጐድኡ ኣለዉ። ኑቲ ነገሮም ብነገሮም የፍርስዎ ኣለዉ፡ ከመይ ካብ ባህርይ አብ ዝተረኽበ ወልድ ካብ ርእሱ ዝተረኽበ ኣይኮነን እሞ ስለምንታይ ኣይተወልደን ይብልዎ ኣለዉ፡
፰ ወዘሰ ኢወፅአ እምካልእ በአማን ኢተወላዲ ውእቱ አላ ህልው ውእቱ ለሊሁ ወቦቱ ብሉየ መዋዕልና።	8 ግና ካብ ካልእ ባህርይ ዘይተረኽበ አብ ብሓቂ ዘይተወልደ እዩ። ንሱ ብወላዲነት ጸኒዑ ደኣ ይነብር። ቅድሚ ዘመን ምንባር ውን ገንዘቡ እዩ።
፱ ንሕነሰ ንብል እስመ ወልድ አኮ እምህላዌሁ ባሕቲቱ አላ ውእቱ እምህላዌ አብ ዘኢተወልደ ወቦቱ ብሉየ መዋዕልና እንዘ ኢይዴጎር እምአቡሁ።	9 ንሕናስ ወልድ ካብ ዘይውለድ ባህርየ አብ ዝተረኽበ እዩ እምበር ካብ ርእሱ ዝተረኽበ ኣይኮነን ንብል። ካብ አብ ከይደኃረ ቅድሚ ዘመን ምንባር ገንዘቡ እዩ።
፲ በከመ ለሊሆሙ ይከውኑ ስምዐ ምስሌነ በዝንቱ ወመንፈስ ቅዱስሂ ዓዲ ይከውን ስምዐ ወይብል እስመ ወልድ ተወልደ ውተውህበ ለነ እምኀበ እግዚአብሔር አብ ወፈድፋደሰ ውእቱ ነባቢ ሀላዊ ወእፎ ይትበሀል ኢተወልደ ። ኢሳ ፱፥፮።ማቴ ፫፥፲፯። ዮሐ ፲፥፴-፴፱። ፲፩፥፳፯። ፩ዮሐ ፭፥፱-፲፫። ፪ጴጥ ፩፥፲፯-፲፰ ።	10 ንሳቶም ምሳና ነዚ ምእንቲ ክምስክሩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ይምስክር እዩ፡ ወልድ ከምዝተወልደ ሥጋን ምውሕሓድ ውን ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ከም ዝተዋህበና ይነግር፡ ዝያዳ ኸኣ ንሱ ኣካላዊ ቃል ባዕሉ መስከረ። ስለምንታይ ኣይተወልደን ይበሃል፡ ኢሳ 9፡6። ማቴ 3፡17። ዮሓ 10፡30-39። 15፡26። 1ይ ዮሓ 5፡9-13። 2ይ ጴጥ 1፡16-18።
፲፩ ወዓዲ መንፈስ ቅዱስሂ ተፈነወ ለነ እምኀበ እግዚአብሔር አብ ወኢይት ከህል ይበልዎ ግሙራ ለዘኢተወልደ ከመ ውእቱ ወልድ ዘተወልደ እምአብ እስመ ኢኮነ ፩ዱ ግብሩ ለዘተወልደ ወለዘኢተወልደ እስመ ፩ዱ ሊሉይ እምካልዑ በግብረ ልደት።	11 ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ተላእከልና። ኑቲ ዘይተወልደ **አብ** ካብ አብ ዝተወልደ ወልድ እዩ ክብልዎ ኣይግባእን። ከመይ ግብሩ ናይቲ ዝተወልደ ወልድን ናይቲ ዘይተወልደ **አብን** ሓደ ኣይኮነን፡ ብግብሪ ኣወላልዳ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ፍሉይ እዩ።
፲፪ እስመ ወልድ ዋሕድ ቅዱስ ተወልደ እም፩ዱ እግዚአብሔር አብ ወውእቱ ዕሩይ ምስሌሁ በመለኮት ሥሉስ ፍጹም በ፫ቱ አካላት እንዘ ፩ዱ መለኮት ዘኢይትሌለይ።	12 ጽኑዕ ከኣሊ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ፡ ካብ ሓደ እግዚኣብሔር **አብ** ስለ ዝተወልደ ንሱ ብመለኮት ምስ **አብ** ሓደ እዩ፡ መለኮት ዘይክፈል ሓደ ክኸውን ከሎ ሥላሴ ብሠለስተ ኣካላት ፍጹም እዩ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭	ዘአትናቴዎስ ም. 25
፲፫ ወኢንክሕድ ፫ተ አካላተ ከመ ፎጢኖስ ወመርቅሎስ ርጉማን እለ ኢየአምኑ በአስማተ ፫ቱ አካላት ወኢናሰትት ፭ደ መለኮተ ዘሥሉስ ዘከመ ክሕደ አርዮስ።	13 ከምቶም ብስም ሠለስተ አካላት ዘይአምኑ ርጉማት ከም ፎጢኖስ ከም መርቅልስ ከምኡ ውን ንሠለስተ አካላት ዝኽሓደ ከም አርዮስ ናይ ሠለስተ አካላት ሓደ መለኮት ኣይንክሕድን ኣይነቃልልን።
፲፬ ወባሕቱ ንለቡ በርትዕ ዕበዮ ለመለኮት ወንትአመን በ፫ቱ አካላት ወኢንክሓድ ግሙራ ፭ደ መለኮተ ዘቅድስት ሥላሴ።	14 ግና ብዝግባእ ናይ መለኮት ሓድነት ንፍለጥ፡ ብሠለስተ አካላት ንእመን። ናይ ሠለስተ አካላት መለኮት ሓደ ምኻኑ ፈጺምና ኣይንኽሓድ።
፲፭ እስመ እለ ይክሕዱ ዘንተ በተሀብሎ እኩያን እሙንቱ በኵሉ ግብሮሙ ወገብሩ በነፍሳቲሆሙ ካልአ ዕልወተ ወነበቡ ዓመፃ ውስተ አርያም ወአንበሩ ውስተ ሰማይ አፉሆሙ ወአንሶሰዉ ውስተ ምድር ልሳኖሙ። መዝ ፸፫(፸፪)፡፭-፲፫። ፪ጴጥ ፪፡፲-፲፪ ።	15 ደፊሮም ነዚ ዝኽሕዱ ብኵሉ ግብሮም ክፉኣት እዮም እሞ ካብ ርእሶም ኣንቂያም ካልእ ክሕደት ተዛረቡ፡ ኣብ አርያም ንዘሎ እግዚኣብሔር ዓመፅ ተዛረቡ። ወልድ ብባህሪኡ ፍጡር እዩ፡ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋ እዩ በሉ። መዝ 73(72)፡7-13። 2ይ ጴጥ 2፡10-12።
፲፮ ወወሰኩ ዲበ ክሕደቶም ዘቀዲሙ ካልአ ክሕደተ ወይቤሉ እስመ መለኮተ መድኃኒነ ሐመ ወሞተ ከመ ይረስይዎ ፍጡረ እስመ ዘየሐምምሰ ፍጡር ውእቱ ወዘሰ ኢየሐምም ወኢይመውት ኢፍጡር ውእቱ ወለዘኢይመውት ወዘገብረ ኵሎ ፍጥረተ መኑ ፈጠሮ።	16 ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቐደመ ክሕደቶም ካልእ ክሕደት ወሰኹ፡ ፍጡር ምእንቲ ክገብርዎ መለኮት መድኃኒና ሓመመ ሞተ ይብሉ። እቲ ዝሓምም ፍጡር እዩ፡ እቲ ዘይሓምም ዘይመውት ግና ፈጣሪ እዩ። ነዚ ዘይመውት ኵሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ንእኡ መን ፈጠሮ፡
፲፯ ወዘሰ ይሬእዮ ለእግዚአብሔር በዓይነ መንፈስ ወተምህረ መጻሕፍተ እምነ መንፈስ ቅዱስ ወእምነ መጻሕፍት ቅዱሳት አእመሮ ለእግዚአብሔር በልቡና ኢይትሀበል ግሙራ ይዝከር ላዕለ እግዚአብሔር ሕማመ ወኢሞተ ወኢይትሀበል ይስማዕ ዘንተ ነገረ ግሙራ ። ዮሐ ፭፡፴፱። ፩ቆሮ ፪፡፲፩-፲፮። ዮሐ ፲፮፡፲፪-፲፮። ኢሳ ፴፬፡፲፮።	17 መንፈስ ቅዱስ ገሊጽሉ መጻሕፍቲ ዝተማህረ፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ብዝረኸቦ ፍልጠት ንእግዚኣብሔር ዝመርመረ፡ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ውን ተረዲኡ ንእግዚኣብሔር ብልቡ ዝፈለጠ ሰብ፡ እግዚኣብሔር ይሓምም ይመውት ኢሉ ንኽሓስብ ፈጺሙ ኣይደፍርን፡ እዚ ነገርዚ ውን ክሰምዕ ኣይደፍርን። ዮሓ 8፡39። 1ይ ቆሮ 2፡14-16። ዮሓ 16፡12-16። ኢሳ 34፡16።
፲፰ ወእፎኑ ይትከሀል ይበልዎ ለእግዚአብሔር ገባሬ ኵሉ ፍጥረት ኢኮነ አምላከ አው ይበልዎ ለሕይወት ኢኮነ ሕይወተ ወከመዝ ይደሉ ይበልዎ ለዘኢይመውት ከመ ውእቱ ሞተ ወበዝንቱ ንባብ ይትበሀል እስመ	18 ኵሉ ንዝፈጠረ እግዚኣብሔር፡ ኣምላኽ ኣይኮነን ክብልዎ ወይስ ንሕይወት ሕይወት ኣይኮነን ክብልዎ ከመይ ገይሩ ይከኣል፡ ከም ትምህርቲ ወንጌል ግና እቲ ዘይመውት ሞት ክብልዎ ይግባእ፡ በዚ ኣዘራርባ'ዚ ኣብ መለኮቱ ሕማም ሞት

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭	ዘአትናቴዎስ ም. 25
እግዚአብሔር ዘኢየሐምም በመለኮቱ ሐመ በሥጋሁ።	ዘይብሉ እግዚአብሔር ብሥጋ ሓመመ ሞተ ይበሃል።
፲፱ ወእፎኑ ይብልዎ መናፍቃን በክሕደቶሙ ለአምላከ ጽድቅ ዘበአማን ዘኢየሐምም በኵሉ ግብር ዘውእቱ ብርሃን ዘበአማን ወውእቱ ጎይሉ ለእግዚአብሔር አብ ዘኢይትመዋዕ የሐምም ወይደክም ወይመውት ከመ ሰብእ ዘወሀበ ሕይወተ ለእለ ሞቱ ወአንሥአ ሙታነ ወአምጽአሙ ለእለ ኢሀለዉ እምኀበ ኢሀሉዎ ኀበ ሀልዎ እፎ ይብልዎ ከመ ውእቱ ሐመ ወሞተ።	19 ኑቲ ፈጺሙ ዘይሓምም፥ ሓቀኛ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ሓቀኛ ብርሃን ናይ እግዚኣብሔር አብ ኃይሉ ዝኾነ ንሕማም ንሞት ዘይድፈር ንእኡ መናፍቓን በቲ ክሕደቶም ከም ሰብ ብግዲ ሓመመ ደኸመ ሞተ ንምንታይ ይብልዎ፡ ንዝሞቱ ሰባት ሕይወት ንዝሃበ፥ ምዉታን ንዘተንሥኡ፥ ነቶም ዘይነበሩ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ንዘምጽኡ ንምንታይ ሓመመ ሞተ ይብልዎ።
፳ ወእፎ ይትሀበሉ ወይንብቡ ዘንተ ንባበ ላዕለ እግዚአብሔር ሕያው ወውእቱ ሕይወት ወትንሣኤ ወውእቱ ኃይሉ ለእግዚአብሔር ወውእቱ ዘኮነ ሰብአ ወተሠገወ እምብእሲት እንዘ ኢይትዌለጥ እመለኮቱ በልዐ ወሰትየ ከማነ ሐመ ወተሰቅለ ወሞተ ተሠዒሎ በሥዕለ ገብር ዘነሥአ እምኔነ እንዘ ውእቱ አርአያ እግዚአብሔር ኮነ በአርአያ ሰብእ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ዕብ ፩፡፪-፮። ፊል ፪፡፩-፲። ማቴ ፲፩፡፲፱።	20 ኣብ ልዕሊ ሕያው እግዚኣብሔር ነዚ ነገር'ዚ ንምንታይ ደፊሮም ይዛረቡ፡ ንሱ ሕይወት ትንሣኤ እዩ፥ ንሱ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ፥ ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ካብ እመቤትና ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ንሱ ከማና በልዐ ሰተየ ካባና ብዝወሰዶ ባህርየ ሰብ ሓመመ ተሰቐለ ሞተ እምበር፡ ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ክኸውን ከሎ ሰብ ኮነ። ዮሓ 1፡1-18። ዕብ 1፡2-6። ፊል 2፡5-10። ማቴ 11፡19።
፳፩ እስመ ተወለጠ በመለኮቱ ግሙራ እፎኑ አብሥሮ ለፈያታዊ በዊአ ገነት እመሰ ሐማሚ ወመዋቲ ውእቱ በመለኮቱ ወበኵሉ ግብር እፎኑ አንሥአ ሥጋሁ እምነ ምውታን። ሉቃ ፳፫፡፵፫።፳፬፡፭። ዮሐ ፲፡፲፯-፲፱።	21 ብባህሪኡ እንተተለዊጡ ደኣ ንፈያታዊ ምእታው ናብ ገነት ከመይ ኢሉ መበሥሮ ነይሩ፡ ብመለኮቱን ብኵሉ ሥራሑን ዝሓምም ዝመውት እንተኾይኑ ደኣ ንሥጋኡ ከመይ ኢሉ ካብ ምዉታን ፈልዩ ኣተንሥኡ። ሉቃ 23-43።24-5። ዮሓ 10-17-19።
፳፪ ለሰብእኒ ለባስያነ ሥጋ መዋትያን ቦሙ ዘኢይመውት ወይመውዑ ቦቱ ሕማመ ጎድግሰ ለእግዚአብሔር ቃል ወበሥጋ ዘለብሶ ዘሐመ ወሞተ ቦቱ።	22 ይትረፍዶ ንቃል እግዚኣብሔርሲ፥ ነቶም ሥጋ ዝለበሱ ንዝሞቱ ሰባት እኳ ዘይመውትን ሕማም ዝስዕርን ባህርይ ኣለዎም። በቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓመመ ሞተ ደኣ እምበር።
፳፫ አይኑ ዓመፃ ዘይመስል ዘንተ ከመ ይበልዎ ለእግዚአብሔር አምላክነ በህላዌሁ ዘአልቦቱ ሥጋ ሐመ ወሞተ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ረሰዩ ሕማመ ወመዊተ ለመለኮት እንዘ መለኮት ኢየሐምም ወኢይመውት።	23 ካባና ብዝወሰዶ ሥጋ ሞተ ክንዲ ምባል ንኣምላኽና እግዚኣብሔር ሥጋ ብዘይብሉ ባህርይ ሓመመ ሞተ ዝብልዎስ፥ ነዚ ዝመስል ክሕደት እንታይ ኣሎ፡ መለኮት ዘይሓምም ዘይመውት ከሎ፡ንሕማምን ንሞትን ንመለኮት ሂቦም ተዛረቡ። ግና

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭	ዘአትናቴዎስ ም. 25
ወዳእሙ ውእቱ በሥጋሂ ዘሐመ ወሞተ።	ንሱ ዝሓመመን ዝሞተንሲ በቲ ዝወሰዶ ሥጋ እዩ።
፳፬ መፍትዉ ይትበሀል በእንተ መለኮቱ ለወልድ ኢየሐምም ወኢይመውት አላ ውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ ዘእንበለ ፍልጠት ወበሥጋሂ እምድኅረ ትንሣኤሁ ኮነ ዘኢየሐምም ወዘኢይመውት ናሁ ኮነ ፭ዱ እግዚአብሔር ቃል ዘእንበለ ፍልጠት በእንተ ሥርዓት ዘሠርዐ ለርእሱ በእንቲአነ እስመ ገብረ ለነ አርአያ ከመ ንትሉ አሠረ ዚአሁ ። ፭ጴጥ ፪፡፳፩-፳፭ ።	24 ወልድ ብመለኮቱ ኣይሓምምን ኣይመውትን ክብሉ ይግባእ። ካብ ሥጋ ከይተፈልየ ምስ አብ ሓደ እዩ እምበር ብሥጋ ውን እንተኾነ ብድኅሪ ትንሣኤ ዘይሓምም ዘይመውት ኮነ። እንሆ ብዘይ ምፍላይ ቃል እግዚኣብሔር ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ'ሞ ምእንታና ኢሉ ንርእሱ ብዝሠርየ ሥርዓት ኣሠሩ ንኽንስ ዕብ ኣርኣያ ኮነና። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።
፳፭ እስመ ኀጠተ ሥርናይ ለእመ ወድቀት ውስተ ምድር ወሞተት ታወጽእ ብዙኃ ፍሬ ከማሁመ ዘአስተርአየ ውእቱ ይፈጽም ኵሎ ግብረ ትስብእት ዘከመ ሥርዓቱ ወነገሩሂ ክሡት እስመ ዘአልቦቱ ሥጋ ይመውዕ ግብረ ሥጋ ወዘኢየሐመም ሐመ በሕማመ እጓለ እመሕያው ወዘኢይመውት መዋዒ ሞት ውእቱ። ዮሐ ፲፪፡፳፬-፳፭። ዕብ ፬፡፲፬-፲፮ ።	25 ፍረ ሥርናይ ናብ ምድሪ እንተ ወደቐትን እንተሞተትን ብዙኅ ፍረ ኽም እትፈሪ፡ ከምኡ ድማ ንሱ ከም ሥርዓቱ ሥራሕ ሰብነት ንክሠርሕ ዝተገልጸ እዩ። ሥጋ ዘይብሉ ሥራሕ ሰብነት ከም ዝስዕር ነገሩ ዝተፈልጠ እዩ። ዘይሓምም ንሱ ናይ ሰብ ሕማም ሓመመ፡ እቲ ዘይመውት ንሱ ንሞት ዝሰዓረ እዩ። ዮሓ 12፡24-25። ዕብ 4፡14-16።
፳፮ ወልቡ ለብእሲ መንፈሱ ውእቱ ወውእቱ ፭ዱ ምስለ ነፍሱ እንተ ሀለወት በሥጋሁ ወይትኄየል ብዙኃ ጊዜያተ ወይመውዕ ሕማመ ሥጋዌ እጓለ እመሕያዌ ዘሀሎ ውስቴታ ።	26 ናይ ሰብ ልቡ መንፈሱ (ሕይወቱ) እዩ፡ እዚ ኽኣ ምስ ሥጋኡ ዝተዋሓደት ነፍሱ ሓደ እዩ። ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ብዙኅ ጊዜያት ይበረታታዕ፡ ነቲ ካብ ኣዳም ዝመጸ ኣብ ሥጋ ዘሎ ሕማም ድማ ይስዕሮ።
፳፯ እፎመ ይትበሀል በእንተ እግዚአብሔር እግዚአ ኃይላት በእንተ ዘነሥአ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወኮነ ፭ደ ሥጋ ምስሌሁ ወአስተርአየ ከዊኖ ሰብአ ከመ ውእቱ ተመውዐ በህላዌ መለኮቱ ወሞተ ሐሰ ለኵቱ እምዘ ከመዝ ግብር አሌ ለኵቱ ለዘየአምን ዘከመዝ እስመ ዓመፃ ዓቢይ ጥቀ።	27 ጐይታ መላእኽቲ ዝኾነ እግዚኣብሔር፡ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ስለዝተዋሓደ፡ ምስ ሥጋ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ፡ ሰብ ኮይኑ ኽኣ ስለዝተራእየ፡ ብባህርየ መለኮቱ ሓመመ ሞተ ንምንታይ ይበሃል፡ ከምዚ ዝበለ ሥራሕ ወገን ተባሂሉ ክንገረሉ ኣይግባእን። ኣዝዩ ዓቢይ ክሕደት እዩ እሞ ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ወይልኡ።
፳፰ ወባሕቱ መዋዒ ውእቱ በኵሉ አዝማን ዘእንበለ ሕማም በህላዌ መለኮቱ እስመ ዘኢየሐምም ውእቱ ባሕቲቱ ወለእመኒ ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ ዘእንበለ ፍልጠት በነሢኡቱ ሥጋ	28 እንተኾነ ግና ብባህርየ መለኮቱ ሕማም ሞት ዘይብሉ ብኵሉ ዘመኑ ሕማምን ሞትን ዝስዕር እዩ። ከመይ ዘይሓምም ንሱ ጥራይ እዩ። ሓማሚ ሥጋ ብምውሓድ ብዘይ ምፍልላይ ሓደ ኣካል

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭	ረአትናቴዎስ ም. 25
ዘየሐምም ወመለኮትሰ መዋዒ ውእቱ ለዓለም ወኢተወሰከ ቦቱ ምንትኒ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ በህላዌ መለኮቱ ።	ሓደ ባህርይ እኳ እንተኾነ ብመለኮቱ ግና ንዘለዓለም ሕማምን ሞትን ዝስዕር እዩ። ሕማምን ሞትን ፈጺሙ የብሉን፣ ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ።
፳፱ ወለእመ ነሥአ ሥጋ ወኮነ ሰብአ በከመ ጽሑፍ ውእቱሰ መዋዒ ወውእቱ ህልው በህላዌሁ ለዓለመ ዓለም ዘአልቦቱ ተፍጻሜት ወውእቱ ክመ ዝንቱ ባሕቲቱ ዘተሠገወ በደኃሪ መዋዕል። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ገላ ፬፡፬ ።	29 ከምዝተጻሕፈ ከኣ ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ እኳ እንተኾነ ንሱስ ንሕማምን ንሞትን ዝስዕር እዩ። ይኃልፍ'ዩ ይልወጥ'ዩ ብዘይበሃል ባህርይ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር። ኣብቲ ዳኅራይ ዘመን ብዝተፈልየ ኣካሉ ሥጋ ዝተዋሓደ ንሱ እዩ። ዮሓ 1፡1-14። ገላ 4፡4።
፴ ወውእቱ ይመልእ ኵሎ እምቅድመ ዓለም ወየዐቅብ ኵሎ ወቦቱ መለኮተ እግዚአብሔር አቡሁ እምቅድመ ኵሉ ሚመታት በህላዌ ዘኢይትዌለጥ ለሙቱ ስብሐት ምስለ አቡሁ ኄር ወመንፈሱ ቅዱስ ሥሉስ ቅዱስ ዕሩይ በኵሉ ግብር።	30 ዓለም ከይተፈጥረ ኣብ ኵሉ ብምልኣት ዝነበረ እዩ፣ ንሱ ንኵሉ ይሕሉ፣ ቅድሚ መላእኽቲ ምፍጣሩ ናይ አቦኡ ናይ እግዚኣብሔር ጐይትነት ገንዘቡ እዩ። ብዘይልወጥ ባህርዩ ጸኒዑ ዝነብር ንሱ እዩ። ንእኡ ምስቲ ለዋህ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ክብሪ ይግብኦ እዩ። ሠለስቲኣም ብኵሉ ሥራሕ ሓደ እዮም።
፴፩ ኢፍጡር ውእቱ ዘኢይትዌለጥ አልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት በህላዌ ፩ዱ መለኮት እንዘ ፫ቱ ገጻት ወእንዘ ፫ቱ አካላት ወእንዘ ፫ቱ መልክዐት።	31 ፍጡር ኣይኮነን፣ ኣይልወጥን እዩ፣ ጥንተ ፍጻሜ የብሉን ብኣካል ብገጽ ብመልክዕ ሠለስተ ክኸውን ከሎ ብባህርይ ሓደ ኣምላኽ እዩ።
፴፪ ወእመቦ ዘይሔሊ ካልአ ሃይማኖተ እምዝንቱ ውጉዘ ለይኩን እስከ ለዓለም ዓለም ።	32 ካብዚ ወጻኢ ካልእ ሃይማኖት ዝሓስብ እንተ ደኣ ሃልዩ ንዘለዓለም ዝተፈልየ ዝተወገዘ ይኹን።
፴፫ ወእመቦ ብእሲ ዘኢየአምን በዘተወልደ በቤተ ልሔም እማርያም እምቅድስት ድንግል ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ሥግው ውጉዘ ለይኩን እምአፉነ አሜን እስመ መድኃኔ ኵሉ እጓለ እመሕያው ወፈድፋደሰ ለኀሩያኒሁ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚአብሔር ቃል ጸድቅ ወቅዱስ ወሕይወት ዘለዓለመ ዓለም። ዮሐ ፩፡፵፪። ገላ ፩፡፲-፲። ፩ጢሞ ፬፡፲።	33 ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ከምዝኾነ፣ ኣብ ቤተ ልሔም ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝተወልደ ዘይኣምን እንተ ደኣ ሃልዩ ብቓልና ብሓቂ ዝተፈልየ ይኹን። ንኵሉ ሰብ ኣውራ ኾኣ ነቶም ዝኣመንዎ ዘድኃነ እዩ እሞ እግዚኣብሔር ቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዘይልወጥ ናይ ዘለዓለም ሕይወት እዩ። ዮሓ 4፡42። ገላ 1፡8-10። 1ይ ጢሞ 4፡10።
፴፬ ቃለ እግዚአብሔር አብ ለሙቱ ህላዌ ባህርየ አብ ዘወለዶ እምቅድመ ኵሉ ሚመታት ልደተ ዘኢይትከሀለነ ተናግሮቱ ለወልድ ዋሕድ ቅዱስ	34 ናይ እግዚኣብሔር አብ ቃል እዩ፣ ክንዛረቦ ዘይክኣለና ልደት ንወልድ ዋሕድ ቅድሚ ምፍጣር ኵሎም መላእኽቲ ኣቐዲሙ ዝወለዶ ናይ አብ ባህርይ ዝኾነ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭

በከመ ይቤ ኢሳይያስ ወኢይክል ያእምር መኑሂ ልደቶ።ኢሳ ፶፫፡፭-፰። ግብ ሐዋ ፰፡፴፫።

፴፭ ዝንቱ ውእቱ ዘገብረ ቦቱ እግዚአብሔር አብ ኵሎ እምዘኢሀሎ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ በዝ ዓለም ወበዘይመጽእ ወዘእንቤለሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ እምዘኮነ።መዝ ፴፫(፴፪)፡፮ ።ዮሐ ፩፡፬።ቈላ ፩፡፲፭-፲፯።ዕብ ፩፡፪-፲፬።

፴፮ ዝንቱ ውእቱ ዘፈነዎ እግዚአብሔር አብ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒተ ዓለም ዘገብሮ ከመ ይደምስስ ግብሮ ለዲያብሎስ ቀታሌ ነፍሰ ሰብእ እምትካት። ዮሐ ፫፡፬-፴፭። ፩ዮሐ ፫፡፰-፲።

፴፯ ወመጽአ ኀቤነ እግዚአብሔር ቃል ዘእንበለ ሥጋ ሠምረ ወነሥአ ሥጋ እማርያም እምቅድስት ድንግል ሥጋ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ወተወልደ እምኔሃ ልደተ እጓለ እመሕያዊ እንዘ ኢያርኁ ማኅተመ ድንግልናሃ ጠብለልዎ በአጽርቅት ወወደይዎ ውስተ ኀል። ኢሳ ፯፡፲፬። ሉቃ ፪፡፩-፲፩። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭ ።

፴፰ ዝንቱ ውእቱ ዘሰብሕዎ ኵሎሙ መላእክተ ሰማይ ወውእቱ አምላክ በሥጋ ዘነሥአ አርአያ ገብር ወኮነ ምስለ እጓለ እመሕያው ወሰምዐ ወተአዘዘ ወበጽሐ እስከ ለሞት ወሞቱሂ ዘበመስቀል። ሉቃ ፪፡፩-፳። ፊል ፪፡፭-፲፩። ፩ጢሞ ፫፡፲፮።

፴፱ ዝንቱ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ዘሞተ በሥጋ ወአጥፍአ ሞተ በሞቱ ወረሰያ ለሕይወት ትብራህ ወረሰየ ነፍሶ መድኃኒተ በእንተ ኵሉ እጓለ እመሕያው በሥልጣኑ። ፩ቆሮ ፪፡፯-፲። ፲፭፡፶፩-፶፮።፪ቆሮ ፭፡፲፩-፲፭።ኤፌ ፫-፬።

ዘአትናቴዎስ ም. 25

ባህርይ ገንዘቡ እዩ። ልደቱ ኃሳፈልጥ ሓደ እኳ ኣይክእልን እዩ ከምዝበለ ኢሳይያስ። ኢሳ. 53፡7-8። ግብ ሓዋ 8፡33።

35 ኣብዚ ዓለም እዚን ኣብቲ ዝመጽእ ዓ ለምን ኵሉ ዝርአን ዘይርአን ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር እግዚኣብሔር አብ ዝፈጠረሉ ቃሉ ንሱ እዩ። ካብቲ ኵሉ ዝተፈጥረ ፍጥረት ውን ብዘይ ብእኡ ዝተፈጥረ ምንም የልቦን። መዝ 33(32)፡6። ዮሓ 1፡4። ቈላ 1፡15-17።ዕ ብ 1፡2-14።

36 ነቲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ናይ ሰብ ነፍሲ ዝቐትል (ዝገድእ) ሥልጣን ዲያብሎስ ኻሸጥፍእ፡ ነቲ ዝፈጠሮ ዓለም ንከድጎን ብዳጎረዋይ ዘመን እግዚኣብሔር አብ ዝለኣኾ ቃሉ እዚ እዩ። ዮሓ 8፡4-45። 1ይ ዮሓ 3፡8-10።

37 ሥጋ ዘይነበሮ እግዚኣብሔር ቃል ናባና መጺኡ ብፍቓዱ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ፍልጠትን ዘለዎ ሥጋ ተዋሓደ። ማኅተመ ድንግልናኣ ከይለወጠ ንሰብ ዝግባእ ልደት ተወልደ፡ ብኣጭርቐቲ ጠቕሊሎም ኣብ መብልዒ ማል ኣደቀስዎ። ኢሳ 7፡14። ሉቃ 2፡1-11።ማቴ 1፡18-25።

38 ኣብ ሰማይ ዘለዉ ኵሎም መላእኽቲ ዘመስገንዎ እዚ እዩ። ብሥጋ ውን ባህርየ ኣዳም ገንዘቡ ዝገበረ ኣምላኽ እዩ። ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ፡ ሕራይ ኢሉ ውን ሰብነቱ ንሞት ክሳዕ ዝህብ በጽሐ፡ ሞቱ ኸኣ እቲ ኣብ መስቀል ዝተገብረ እዩ። ሉቃ 2፡1-20። ፊል 2፡5-11። 1ይ ጢሞ 3፡16።

39 ብሥጋ ዝሞተ ናይ ክብሪ በዓል ቤት እዚ እዩ። ብሞቱ ንሞት ዘጥፍኣ፡ ንትንሣኤ ከም ትግለጽ ዝገበራ፡ ብሥልጣኑ ውን ሰብነቱ ንኵሉ ሰብ መድኃኒት ዝገበረ ንሱ እዩ።1ይ ቆሮ 2፡7-10። 15፡54-56። 2ይቆሮ 5፡14-15። ኤፌ 3፡9።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፭፡ ፳፮	ዘአትናቴዎስ ም. 25፡ 26
፵፱ ዝውእቱ ዘአጥፍአ ለሞት ወሠዐሮ ለዲያብሎስ ዘምስሌሁ እዘዘ ሞት በትንሣኤሁ ባሕቲቱ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ወአስተርአየ በአርአያ ብእሲ ወአኮ ብእሲ ዘእግዚአብሔር ጎዱር ውስቴቱ ወዓዲ ኢኮነ ከመ አሐዱ ብእሲ እምጻድቃን አላ ውእቱ አምላክ ዘኮነ ሥጋ ለሙቱ ስብሐት እስከ ለዓለመ ዓለም አሜን። ፪ጢሞ ፩፡፲-፲፭። ፩ጢሞ ፮፡፲፬-፲፮።	40 ንሞት ዘጥፍአ፡ ካብ ሞት ተፈልዩ ብምትንሣኡ ውን ሥልጣነ ሞት ንዝነበሮ ዲያብሎስ ዝሠዓረ ንሱ እዩ። ሰብ ዝኾነ ብባህርየ ሰብ ዝተገልጸ ኣምላኽ እዩ። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ እምበር እግዚኣብሔር ዝኾደሮ ዕሩኞ ብእሲ ኣይኮነን። ብፍጹም ንዘለዓለመ ዓለም ብሓቂ ምስጋና ይግበኦ እዩ ኣሜን። 2ይ ጢሞ 1፡10። 1ይ ጢሞ 6፡14-16።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፳፮ ክፍል ፭	**ምዕራፍ 26 ክፍሊ 5**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ሐዋርያዊ አትናቴዎስ በውስተ ጦማረ ሃይማኖቱ ቅድስት ስብሐት ለእግዚአብሔር አብ አሜን።	1 እዚ ቅዱስ ኣቦ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ በዛ ጽንዕቲ ሃይማኖቱ ኣብ ዝተዛረቦ መጽሓፉ ዳግማይ ከምዚ በለ፡ ብሓቂ ንእግዚኣብሔር ኣብ ምስጋና ይግባእ። ኣሜን።
፪ ነአምን በሥላሴሁ ዕሩይ በመለኮት ወእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውእቱ አምላክ ሥግው ወአኮ ውእቱ ብእሲ ጸዋሬ አምላክ ወሥጋሂ ኢተወሰከ ዲቤሁ ከመ ዘእምህላዌ መለኮት አላ ውእቱ እምድንግል ቅድስት ማርያም ወበጊዜ ሕማሙሂ ኢሐመ በመለኮት ዳእሙ በሥጋሁ።	2 ብመለኮት ሓደ ዝኾነ ብሠለስትነቱ ንኣምን ኢና፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ዝኾደሮ ዕሩኞ ብእሲ ኣይኮነን፡ ካብ ባህርየ መለኮት ከምዝተረኽበ ኮይኑ ሥጋ ንቃል ካልኣዩ ኣይኮነን፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ተረኽበ ደኣ እምበር። ኣብ ጊዜ ሕማሙ ብሥጋ ደኣ እምበር ብመለኮቱ ኣይሓመመን።
፫ እስመ አብ በአካሉ ወበገጹ ወበመልክዑ ውእቱ ወከማሁ ወልድኒ በአካሉ ወበገጹ ወበመልክዑ ውእቱ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ በአካሉ ወበገጹ ወበመልክዑ ውእቱ ወኢይትገመሩ ከመ እንለ እመሕያው እስመ አካላት መለኮታዊ እሙንቱ።	3 ከመይ ኣብ ብኣካሉ ብገጹ ብመልክዑ ዘሎ እዩ። ወልድ ውን ከምኡ ብኣካሉ ብገጹ ብመልክዑ ዘሎ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ከምኡ ብኣካሉ ብገጹ ብመልክዑ ዘሎ እዩ፡ ከም ሰብ ኣይውሰኑን እዮም። ከመይ ኣምላ ኽነት ዘለዎም ኣካላት እዮም።
፬ እመቦ ዘኢየአምን ዘንተ ሃይማኖተ ዘኢይጽሕፍ ሃይማኖተ ከመዝ ዘከመ ሠራዕነ እስመ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ታወግዞ ።	4 ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢሉ ነዚ ሃይማኖትዚ ዘይኣምንን፡ ከምዚ ንሕና ዝወሰንናዮ ገይሩ ሃይማኖቱ ዘይጽሕፍን እንተ ደኣ ሃልዩ ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተውግዞ እያ።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፭ ወካዕበ ይቤ ይደልወነ ንበል ወንትአመን ከመ ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ	5 ከምኡ ውን ብዝወሰዶ ሥጋ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፮	ዘአትናቴዎስ ም. 26
አካል ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ በሥጋ ዘነሥአ በኵሉ ብእሲ ዘኢ የአምን ዘንተ ተቃራኔ እግዚአብሔር ውእቱ ወፀሮሙ ለአበው ቅዱሳን።	ባህርይ ከምዝኾነ ኣሚንና ክንዛረብ ይግብኣና በለ።ነዚ ዘይኣምን ኵሉ ሰብ ግና ተቓራኒ እግዚኣብሔርን ጸላኢ ቅዱሳን ኣቦታትን እዩ።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፯ ወዓዲ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ይደልወነ በኵሉ ግብር ንለቡ ዘነበቡ መጻሕፍት ቅዱሳን እስመ ሕማም ዘተወክፎ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢኮነ በመለኮቱ ወኢየሐምም ዳግመ እስመ እግዚአብሔር ቃል ውእቱ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	6 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበሎ መከራ ብመለኮቱ ከምዘይኾነ ከምኡ ውን ከምዘይሓመም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተዛረብዎ ብኵሉ ሥራሑ ክንፈልጥ ይግባእና በለ። ከመይ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ዮሓ 1፡1-14።
፯ አላ ያረ በትስብእቱ ሕማመ ወተወክፎ በሥጋሁ ወይሄሉ ለዝላፉ ለቢሶ ሥጋነ ለዓለም።	7 ሰብ ብምኻኑ መከራ ተቐበለ እምበር፡ ንዘለዓለም ሥጋ ተዋሒዱ እዩ ዝነብር።
ክፍል ፰	**ክፍሊ 8**
፰ ወካዕበ ይቤ አልቦቱ ለወልድ ዋሕድ ፪ቱ ህላዌ ፍሉጣን ፩ዱ ዘይሰገድ ወካልኡ ዘኢይሰገድ ።	8 ዳግማይ ውን ንወልድ ዋሕድ ንሓደ ዝስገደሉ ነቲ ካልእ ኸኣ ዘይስገደሉ ዝተፈልዩ ክልተ ባህርያት ክልተ ኣካላት የብሉን በለ።
፱ ወካዕበ ይቤ እስመ ሥጋ ወዘአልቦቱ ሥጋ ተደመሩ ኀቡረ ወከዊነ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ወውእቱ ባሕቲቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ወውእቱ ክመ ባሕቲቱ ዘኢይትዌለጥ።	9 ከምኡ ድማ ሥጋ ዘይብሉ ቃልን ሥጋን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ብምኻን ከምዝተዋሓሓዱ ተዛረበ። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ንሱ ጥራይ እዩ። ፈጺሙ ዘይልወጥ ንሱ ጥራይ እዩ።
፲ ወዳዕሙ በ፩ዱ ገጽ ወበ፩ዱ አካል ወበ፩ዱ ግብር ወበ፩ዱ ህላዌ ኮነ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ።	10 እግዚኣብሔር ቃል፡ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ግብሪ ብምኻን ሥጋ ተዋሓደ ደኣ እምበር።
ክፍል ፱	**ክፍሊ 9**
፲፩ ወካዕበ ይቤ በእንተ ሥጋሁ ወነፍሱ ወርደቱ ለእግዚእነ ውስተ ሲኦል በአዕ ርጎቱ ጻድቃነ።	11 ዳግማይ ውን ጐይታና ንነፍሱ ካብ ሥጋ ብዛዕባ ምፍላዩ፡ ናብ ሲኦል ብዛዕባ ምውራዱ፡ ብዛዕባ ነፍሳት ምውጽኡ ውን ከምዚ በለ።
፲፪ ጐየ ፀሐይ ወጸልመ ወርኀ ከዋክብትኒ ተጎነብኡ ከመ ኢያብርሁ ለመናፍቃን በጊዜ ስቅለቱ ቅዱስ እንዘ ፍጹም በገሀሁ ወርኀ ኢያብርህ።	12 ፀሓይ ብርሃኑ ከልከለ፡ ወርኂ ጸልመተ፡ ከዋክብቲ ውን ኣብ ጊዜ እቲ ዝሸበረ ስቓለቱ ነቶም መናፍቓን ምእንቲ ከየብርሁ ብርሃኖም ከልከሉ። ወርኂ ውን ብምልኣት ከሎ ኣየብርህን።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፮	ዘአትናቴዎስ ም. 26
፲፫ ወሶበ ጸልመ ፀሐይ ኮኑ ኵሎሙ ጽልሙታነ ከመ ኢይነጽሩ አምላኮሙ ዘፈጠሮሙ እንዘ ስቁል ዲበ ዕፅ ከመ ፈያት ወተቈልቈለ ዕለተ መዓልት።	13 ፀሓይ ብርሃኑ ምስ ከልከለ ኵሎም ፍጡራን ብጸልማት ተታኒዙ፣ ነቲ ዝፈጠሮም ፈጣሪኦም ከም ሰራቒ ከም ሽፍታ ኣብ ዕንፀይቲ ተሰቒሉ ምእንቲ ከይርእዩ ዕለቱ ጸልመተ።
፲፬ ወፅአ መልአክ ጎሩይ እማዕከለ ኵሎሙ መላእክት እንዘ ይእጎዝ በእዴሁ ሰይፎ ክሡተ ከመ ያጥፍኦሙ ለዐላውያን ፍጡነ ወሶበ ከልኦቶ ምሕረቱ ለክርስቶስ ዘበጠ ዝኩ ወሰጠጠ ወረሰዮ ክልኤ እምላዕሉ እስከ ታሕቱ።	14 ጎሩይ መልኣኽ ነቶም ዓላውያን ኽቡጥፍእ ብኢዱ ሰይፉ መዚዙ ካብ መንጎ መላእኽቲ ወጽአ። ለውሃት ክርስቶስ ምስ ከልከሎ ግና እቲ መልኣኽ ነቲ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ብሰይፉ ወቕየሞ ቀደዶ፣ ካብ ላዕሉ ክሳብ ታሕቱ ኣብ ክልተ ተርተሮ።
፲፭ ወኵሎሙ መላእክት እንዘ ይኔጽርዎ እምሰማይ ወይትመዐዑ ጎቡረ ናሁ ከልኦቶሙ ምሕረቱ ለኣብ ወትዕግሥቱ ለወልድ ወኒሩቱ ለመንፈስ ቅዱስ።	15 ኵሎም መላእኽቲ ውን ኣብ ሰማይ ኮይኖም እናረኣዩ ብሓባር ተቈጥዑ። ናይ ኣብ ምሕረቱ ናይ ወልድ ትዕግሥቱ ናይ መንፈስ ቅዱስ ለውሃቱ ግና ከልከለቶም።
፲፮ ጐየ ብርሃነ መዓልት ወጎደጎ ለዓለም ውስተ ጽልመት እንዘ ያርመሰምስ ወዝንቱ ኮኑ ኮነ እምቅድመ ይመጡ ነፍሶ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	16 ፀሓይ ብርሃኑ ከልከለ፣ እዚ ዓለምዚ ብጸልማት ተታኒዙ ክተራመስ ጎደጎ፣ እዚ ኵሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ቅድሚ ምፍላዩ ተገብረ።
፲፯ ወሶበ መጠወ ነፍሶ ሶቤሃ ሠረቀ ብርሃን በውስተ ጽልመት ወበሲኦል ፍጡነ ወወረደ እግዚእነ ውስተ ሲኦል በመንፈሱ ወአኮ በሥጋሁ። መዝ ፸፬(፸፫)፡፲፪-፲፮። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳።	17 ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ምስ ፈለየ ብኡ ብኡ ኣብ ሲኦል ቀልጢፉ ብርሃን ተራእየ፣ ጐይታና ብኣካለ ሥጋ ዘይኮነስ ብኣካለ ነፍስ ናብ ሲኦል ከደ። መዝ 74(73)፡12-16። 1ይ ጴጥ 3፡18-20።
፲፰ ተሀውክት ሲኦል ወደንገፀ መሠረታቲሃ አንዘ ኮላ ምድረ ከመ ኢትማስን እምቅድመ ጊዜሃ ከዐወ ደሞ ውስተ ምድር ወዐቀባ ወለኮሉ ዘውስቴታ። ቈላ ፩፡፳	18 ሲኦል ተናወጸት፣ መሠረታታ ውን ክፈርሱ ደለዩ። ምድሪ ኣብ ዘይጊዜኣ ኽቡይትኃልፍ ኣጽንዓ፣ ደሙ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣፍሰሰ፣ ካብ ጎልፈት ሓለዋ ኣብኡ ንዘሎ ኮሉ ውን ሓለወ። ቈላ 1፡20 ።
፲፱ ወነደገ ሥጋሁ ስቁለ ዲበ ዕፀ መስቀል በእንተ ኵሉ ፍጥረት ወመንፈሱሰ ወረደት ውስተ ሲኦል ወፈወሰት ነፍሳተ እለ ሀለዋ ህየ ወፂወወ ሲኦለ አንዘት ኵሎ ፍጥረተ።	19 ምእንቲ ኵሉ ፍጥረት ሥጋኡ ኣብ ልዕሊ መስቀል ተሰቒሉ ኃደጎ፣ ነፍሱ ግና ናብ ሲኦል ወሪዳ ነተን ኣብ ሲኦል ተኣሲረን ዝነበራ ነፍሳት ኣድኃነት፣ ንሲኦል ውን በርበረታ ንኵሎም ፍጥረታት ውን ናታ ገበረት።
፳ ወሥጋሁ አንሥአ ሙታነ እለ ሀለዉ ውስተ መቃብር ወነፍሱሂ ፈትሐት ነፍሳተ እንተ ሙቅሕቶን ይነብራ ውስተ ሲኦል።	20 ሥጋኡ ውን ኣብ መቓብር ንዘለዉ ምዉታን ኣተንሥኣ፣ ነፍሱ ኸኣ ኣብ ሲኦል ተኣሲረን ዝነበራ ነፍሳት ፈትሐት።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፯ ፥ ፳፯	ዘአትናቴዎስ ም. 26 ፥ 27
፳፩ ወበይእቲ ሰዓት እንዘ ሀሎ ሥጋሁ ለእግዚእነ ሰቂለ ዲበ ዕፀ መስቀል ተከሥቱ መቃብራት ወሶበ ነጸርዎ ጐዩ ዐቀብተ ገሃነም ወተሰብሩ ኖኃተ ብርት ወተቀጥቀጡ መናሥግቲሃ ዘሐዚን ወፈትሐት ነፍሱ ቅድስት ነፍሳቲሆሙ ለጻድቃን እለ ሀለዋ ውስተ ሲኦል።መዝ ፻፯(፻፮)፡፲-፲፮። ማቴ ፳፯፡፶-፶፫። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳።	21 በታ ሰዓት እቲኣ ውን ሥጋ ጐይታና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከለ፡ መቓብራት ተኸፍቱ፡ ንገሃነም ዝሕልዉ ዝነበሩ ኢጋንንቲ ውን ምስ ረኣይዎ ሃደሙ። ናይ መዳብ መዓጹ ተሰብሩ (ሊቃነ ኢጋንንት ሠራዊተ ኢጋንንት ተሳዕሩ)፡ ሓፃውንቲ መፋትሕ ውን ተቐጥቀጡ (ፍዳ መርገም ጠፍኣ)፡ ቅድስቲ ነፍሱ ነተን ኣብ ሲኦል ዝነበራ ነፍሳት ጻድቃን ፈትሐት። መዝ 107(106)፡8-20። ማቴ 26፡50-53። 1ይ ጴጥ 3፡18-20።
፳፪ ወለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሎቱ ስብሐት ምስለ ኀርያ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ዘዕሩይ ምስሌሁ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ለዓለመ ዓለም አሜን። ❖ ❖ ❖	22 ምስቲ ለዋህ ኣቦኡን ምስኡ ማዕረ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስን ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ ሎምን ንኾሉ ሳዕን ንዘለዓለምን ኣሜን። ❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፳፯ ክፍል ፲	**ምዕራፍ 27 ክፍሊ 10**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትስብእቱ ለእግዚእነ።	1 ደጊሙ እዚ ቅዱስ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ፡ ብዛዕባ ጐይታና ሰብ ምኻኑ ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፪ ነአምን በወልደ እግዚአብሔር አብ ዘተወልደ እምቅድመ ኵሉ ፍጥረት ወኢተሌለየ እምኔሁ በኵሉ መዋዕል ወካዕበ ተወልደ በሥጋ እማርያም እምቅድስት ድንግል በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ።	2 ኵሉ ፍጥረት ከይተፈጥረ ካብ ኣብ ብዝተወልደ፡ ብኵሉ ዘመኑ ካብ ህልውናኡ ብዘይተፈልየ፡ዳግማይ ንኣና ንምድኃን ብዳኅራይ ዘመን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥጋ ዝተወልደ ብወዲ እግዚኣብሔር **ኣብ** ንኣምን።
፫ በከመ ተምህርነ እምቅዱስ ሐዋርያ ጳውሎስ ዘይቤ ወሶበ በጽሐ ተፍጻሜተ መዋዕል ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት ዝንቱ ዋሕድ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ወወልደ እጓለ እመሕያው በሥጋ አኮ ዝንቱ ወልድ ዋሕድ በክልኤ ህላዌ ለ፩ዱ ዘንሰግድ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ።	3 ምልኣት ዘመን ምስ ኣኸለ እግዚኣብሔር ንወዱ ለኣኽ ካብ ድንግል ውን ተወልደ ካብ ዝበለ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተመሃርና፡ እዚ ሓደ ብመለኮት ወዲ እግዚኣብሔር እዩ፡ ብሥጋ ኽኣ ወዲ ኣዳም እዩ። እዚ ሓደ ወልድ ንሓደ ዝሰግደሉ ነቲ ሓደ ኽኣ ዘይንሰግደሉ ኣብ ክልተ ባህርይ ዘሎ ኣይኮነን።
፬ ወባሕቱ ፩ዱ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ሥግው ወንሰግድ ሎቱ ዘምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	4 ናይቲ ሰብ ዝኾነ ሓደ ቃል እግዚኣብሔር ባህርይ ሓደ እዩ እምበር፡ ንእኡ ኽኣ ካብ ሥጋኡ ከይፈለና ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፯

ክፍል ፲፩

፩ ወዓዲ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሕማማቲሁ ማሕየዊት ተሰቅለ ወወህበነ መድኃኒተ ወበሞቱ አሕየወ ኵሎ ሙታነ። ኤፌ ፪፡፩-፮

፪ ነጽር ይእዜኒ ወስማዕ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኅቡረ ሶበሰ አምላክ ውእቱ ባሕቲቱ እፎኑ እምሐመ አው እፎኑ እምሰቀልዎ አው እፎኑ እምጥዕመ ሞተ እስመ ዝንቱ ግብር ርኁቅ ውእቱ እምእግዚአብሔር። ዘዳግ ፴፪፡፴፱-፵ ።

፫ ወሶበሂ ሰብእ ውእቱ ባሕቲቱ እፎኑ ሶበ ሐመ ወሞተ ሞየ ለሞት ወአድኅነ ካልእነ ወአሕየዎሙ ወዝንቱ ይትሌዐል እምኀይለ እጓለ እመሕያው ። ፩ቆሮ ፮-፲፭። ዕብ ፭፡፩-፬።

፬ እስመ ውእቱ ሐመ ወሞተ ወአድኅነ ፍጥረቶ ወሞየ ለሞት እስመ እግዚአብሔር ውእቱ ወካዕበ ሰብእ ውእቱ። ሉቃ ፳፬፡፭። ዮሐ ፩፡፳፭-፳፮። ሮሜ ፮፡፫-፬

፭ ወካዕበ ይቤ እስመ ሥጋ ኢኮነ ፍጻሜ ለታሕፃፀ አካለ መለኮት አላ ፍጹም ውእቱ መለኮት በኵሉ ግብር ወይሁብ ፍጻሜ ለኵሉ ሕፀፅ።

፮ ወሶበ ለብሰ ሥጋ ኮነ አሐደ ምስሌሁ ወዘኢይፈቅድ ኀበ ወኢምንትኒ መጠወ ርእሶ ባሕቲቱ በሥጋ ዘይፈቅድ። መዝ ፶(፵፱)፡፲። ዮሐ ፲፡፲፯። ዕብ ፱፡፳፰። ፲፡፩-፱

ክፍል ፲፪

፲፩ ወዓዲ ይቤ በውስተ ሣልስ ድርሳን ዘደረሰ በእንተ ቅድስት ሥላሴ እንዘ ያስተነፍሮሙ ለአርዮሳውያን ኢይከውን

ዘአትናቴዎስ ም. 27

ክፍሊ 11

5 ከምኡ ውን ብዛዕባ ሕይወት መድኃኒት ዝኾነት ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ከምዚ በለ፡ ተሰቒሉ ድኅነት ሃበና፡ ብሞቱ ውን ንኵሉም ምዉታን ኣድኃነ። ኤፌ 2፡5-6።

6 ሕጂ ውን ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ሰሚዕካ ፍለጥ። ኣምላኽ ጥራይ እንተዝኸውን ደኣ ከመይ ኢሉ ምሓመመ ነይሩ፡ ወይሲ ከመይ ጌሮም ምሰቐልዎ ነይሮም፡ ወይሲ ከመይ ኢሉ ምሞተ ነይሩ፡ እዚ ሥራሕ እዚ (ሕማም፡ ሞት) ካብ እግዚኣብሔር ዝረኃቐ እዩ። ዘዳግ 32፡39-40።

7 ሰብ ጥራይ እንተዝኸውን ደኣ ምስ ሓመመን ምስ ሞተን ከመይ ጌሩ ንሞት ምሰዓሮ ነይሩ፡ ንካልኦት ብነፍስን ብሥጋን ከመይ ገይሩ መድኃነ ነይሩ፡ እዚ ልዕሊ ኃይሊ ሰብ እዩ። 1ይ ቆሮ 5፡13። ዕብ 5፡1-4።

8 ንሱ ሓሚሙ ሞይቱ ንፍጥረቱ ኣድኃነ። ንሞት ውን ሰዓሮ፡ ከመይ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ሉቃ 24፡5። ዮሓ 5፡26-27። ሮሜ 8፡3-4።

9 ከምኡ ውን ንመለኮት ጉድለት ነይርዎ ሥጋ ምልኣት ዝኾኖ ኣይኮነን፡ መለኮት ብኣካልን ብክብርን ፍጹም እዩ፡ ጉድለት ንዘለዎ ኵሉ ደኣ ፍጹምነት ይህብ እምበር በለ።

10 ሥጋ እንተተዋሓደ ውን ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኾነ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ዘይደሊ መለኮት ብዝደሊ ሥጋ ንሱ ጥራይ ርእሱ ንሕማምን ሞትን ኣጎሊፉ ሃበ።መዝ 40(39)፡7። ዮሓ 10፡17። ዕብ 9፡28። 10፡1-9።

ክፍሊ 12

11 ከምኡ ውን ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ኣብ ሣልሳይ ዐንቀጽ፡ ንወገናት ኣርዮስ ከኅፍር ከምዚ በለ፡ ሰብ ብዘይኮነ ኣካል ሥራሕ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፯ ፥ ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 27፥ 28
ግብረ ሥጋ በዘኢሥግው ወዳእሙ እስመ ነሥአ ሥጋ መዋቲ እስመ ቅድስት ድንግል ማርያም እንተ ነሥአ እምኔሃ መዋቲት ይእቲ።	ሰብነት ኣይሠርሕን'ዩ፡ እታ ሥጋ ዝወስደላ ቅድስት ድንግል ማርያም ሞት ዝሰማምዓ ስለዝኾነት ሞት ዝሰማማዕ ሥጋ ተዋሓደ ደኣ እምበር።
፲፪ ወበእንተ ዝንቱ ንትህበል ከመ ንበል እስመ ሕማም ዘተወክፎ ብካይ ወሞት ዘሥጋ ውእቱ እንተ ነሥአ እምድንግል።	12 ስለዚ ኽኣ ዝተቐበሎ ብኻይ ሕማም ሞት፡ ናይ ካብ ድንግል ዝወሰዶ ሥጋ ገንዘብ እዩ ክንብል ንፈቱ።
፲፫ ወሶበ ትሰምዕ ከመ ውእቱ በከየ ወተህውከ ኢተሐሊ ከመ አምላክ ቃል ዘበከየ ወተህውከ አላ ዝንቱሰ ኮሉ ዘሥጋ ውእቱ ።	13 ኃዘነ ብኽየ ክብል እንተ ሰማዕካ ዝኃዝነ ዝብኽየ ኣምላኽ ቃል ከምዝኾነ ኣይትሕሰብ፡ እዚ ኵሉ ሥጋ ብምኻኑ ደኣ እዩ እምበር።
ክፍል ፲፫	**ክፍሊ 13**
፲፬ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትስብእት ንሕነሰ ነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር አምላክ በህላዌሁ ወወልደ እጓለ እመሕያው ውእቱ በሥጋሁ።	14 ደጊሙ ውን ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ዐንቀጽ ከምዚ በለ፡ ብመለኮት ወዲ እግዚኣብሔር ብሥጋ ድማ ወዲ ኣዳም ምኻኑ ንኣምን።
፲፭ ወአኮ ዘንብል እስመ ዝንቱ ወልድ ፪ኤ ህላዌ ለአሐዱ ዘንሰግድ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ አላ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	15 ነዚ ወልድ ንሓደ ንሰግደሉ ነቲ ሓደ ዘይንሰግደሉ ክልተ ባህርይ እዩ ኣይንብልን ኢና፡ ከመይ ሰብ ናይ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ባህርይ ሓደ እዩ፡ ምስ ሥጋኡ ኣወሓሕድና ደኣ ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ እምበር።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፳፰ ክፍል ፲፬	**ምዕራፍ 28 ክፍሊ 14**
፩ ወዓዲ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በ፲ወ፪ቱ ትእዛዛት ዘአዘዞ ለቈስጠንጢኖስ ወልደ ቈስጠንጢኖስ ንጉሥ ሶበ ሜጠ እምነ ስደቱ ዘሰደዶ።	1 መከራ ዝተቐበለ እዚ ቅዱስ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ፡ ካብ ሹመቱ ኣውጺኡ ካብቲ ኣሳዲድዎ ዝነበረ ስደቱ ምስ መለሶ ንቈስጠንጢኖስ ወዲ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ኣብ ዝኣዘዞ 12 ትእዛዛት ደጊሙ ከምዚ በለ።
፪ ከሠተ አፉሁ ወይቤሎ ለንጉሥ ስማዕ እምኔየ ኦ ንጉሥ እስመ ተወከፍከ ላዕ ሌየ ንባቦ ለአውሳብዮስ ላዕክ ዘሆከኒ በእንተ ዓርኩ አርዮስ ዕልው ወአገበረከ እስከ ሰደድከኒ ወምስሌየ ማኅበረ ኤጲስ ቆጳሳት ቅዱሳን በእንተ ርትዕት ሃይማኖት እንተ አጽንዕዋ አበው ንጹሐን እለ ተጋብኡ በሀገረ ኒቅያ በእንተ ሥሉስ ቅዱስ ዘኢፍጡራን።	2 ዘረባኡ ጀሚሩ፡ ነቲ ንጉሥ ነገረይ ስማዕ በሎ። ምእንቲ እዛ ሥላሴ ዘይተፈጥሩ ከምዝኾኑ ንምርዳእ ኣብ ኒቅያ ዝተኣከቡ ንጹሓን ኣቦታት ዘጽንዕዋ ጽንዕቲ ሃይማኖት ክሳዕ ተሳድደኒ፡ ነቶም ክቡራን ማኅበረ ኤጲስቆጳሳት ቅዱሳን ውን ምሳይ ክሳዕ እተግዕዞም ዝገበረካን፡ ስለ ፈታዊኡ ከሓዲ ኣርዮስ ንዘኅዘነንን ፈታዊኻ ኣውሳብዮስ ናቱ ዘረባ ተቐቢልካ ነበርካ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
፫ አይቴኑ ዝንቱ ተመካሒ በትዕቢቱ አኮኑ አስጠሞ እግዚአብሔር ውስተ ዕመቀ ባሕር ከመ ፈርያን በመዋዕሊሁ ዘምስለ እሊአሁ ። ዘፀአ ፲፭፡፩-፲፱። ሮሜ ፱፡፲፯-፳፫።	3 እቲ ብትዕቢቱ ዝምካሕ ኣበይ ኣሎ፡ ብንእስነቱ ከሎ ምስቶም ወገናቱ ከም ፈርያን እግዚኣብሔር ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ዘስጠሞዶ ኣይኮነን እዩ። ዘፀአ 15፡1-19።ሮሜ 9፡17-23።
፬ ስማዕ እምኔየ ኦ ንጉሥ ይእዜኒ ከመ አብሥርከ በሃይማኖት ርትዕት ፍጽምት ሃይማኖቶ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ነአምን በአሐዱ አምላክ አብ አኀዜ ኵሉ ገባሬ ሰማያት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።	4 ኦ ንጉሥ ብፍጽምትን ቅንዕትን ሃይማኖት ጸኒዐ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማን ኻክነግረካ ሕጂ ውን ነገረይ ስማዕ። ዝርኣን ዘይርኣን ሰማያትን ምድርን ዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ብኣብ ንኣምን።
፭ ወነአምን በአሐዱ ዋሕድ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘበአማን ማሕየዊ ዘእማሕየዊ።	5 ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ካብ ሓቀኛ ብርሃን ዝተረኽበ ሓቀኛ ብርሃን፡ካብ ዘድኅን ኣብ ዝተረኽበ መድኃኒ ብዝኾነ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ብሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን።
፮ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ማሕያዊ ዘይመልእ ኵሎ ወየሐውስ ኵሎ ወውእቱ ውስተ ኵሉ ወይነፍሕ ውስተ ኵሉ እንዘ ኢያስተርኢ ወውእቱ መንፈሰ አብ ወወልድ። ማቴ ፳፰፡፲፱-፳። ዮሐ ፩፡፫። ፫፡፱	6 ኻኾሉ ዝመልእ ኻኾሉ ዝርኢ ኣብ ኵሉ ዘሎ ከይተራእየ ኣብ ኵሉ ዝኃድር ናይ ኣብን ወልድን እስትንፋስ ብዝኾነ ብዘድኅን መንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን።ማቴ 28፡19-20። ዮሓ 1፡3። 3፡9።
፯ ወዓዲ ነአምን ኦ ንጉሥ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢኮነ ፍጡረ ወናወግዝ ሃይማኖቶ ርኵሰተ ለአርዮስ ዕልው ዘይቤ ፍጡር ውእቱ ክርስቶስ።	7 ኦ ንጉሥ ከምኡ ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጡር ከምዘይኮነ ንኣምን፡ ክርስቶስ ፍጡር እዩ ዝብል ናይ ከሓዲ ኣርዮስ ዝረኸሰት ሃይማኖቱ ነወግዝ።
፰ ንሕነሰ ነአምን ከመ ውእቱ ቃል አምላክ ዘበአማን ዘተወልደ እመለኮተ አብ ወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ ምስለ አብ በኵሉ ጊዜ ወአልቦ መዋዕል እንዘ ኢሀሎ ውእቱ ምስለ አብ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ።	8 ንሕና ግና ቃል ካብ ባህርይ ኣብ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ብኾሉ ጊዜ ውን ወልድ ዋሕድ ምስ ኣብ ኣቐዲሙ ከም ዝነበረ ንሱ ምስ ኣብ ዘይነበረሉ ዘመን ከምዘየልቦ ንኣምን። መንፈስ ቅዱስ ውን ከም ወልድ ቅድመ ዓለም ከምዝነበረ ንኣምን።
፱ ፈጠረ አብ ለዉቱ ፍጥረተ በቃሉ ዘውእቱ እምነ መለኮቱ ወመንፈሱ ቅዱስ ዘበሙ ሥምረቱ በግብር ዘኢይትከሀሎሙ ያእምርዎ ፍጡራን ።ዘፍጥ ፩፡፩-፳፯።መዝ ፴፫(፴፪)፡፩-፲፩። ዕብ ፩፡፩-፲።	9 ኣብ ካብ ባህርይ ብዝተረኽበ ቃሉ፡ ከምኡ ውን ፍቓዱ፡ ፍቓዶም ብዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ፍጡራን ክፈልጥዎ ብዘይክእሉ ሥራሕ ንኵሉ ፍጥረት ፈጠረ። ዘፍጥ 1፡1-27። መዝ 33(32) ፡5-11። ዕብ 1፡1-14።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
፲ ወካዕበ ነአምን በሠለስቲሆሙ ከመ ፩ዱ እሙንቱ በተዋሕዶ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አብኒ ማሕየዊ ወልድኒ ማሕየዊ ወመንፈስ ቅዱስኒ ማሕየዊ።	10 ከምኡ ውን ብባሀርይ ሓደ ከምዝኾኑ ብሠለስቲኡም ንኣምን። እዚኣቶም ከኣ አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ እዮም። አብ ዘድኅን እዩ ወልድ ዘድኅን እዩ መንፈስ ቅዱስ ውን ዘድኅን እዩ።
፲፩ እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ዱ በህላዌ መለኮት ወበልዕልና ወበስብሐት ወበሥልጣን ወበፈጢረ ኵሉሙ ፍጡራን ወበሥምረት ወበጎዲገ ኃጢኣት ወበአእምሮ ሠናይት ወበረከት።	11 ሓደ ከለዉ ሠለስተ እዮም። ሠለስተ ከለዉ ከኣ ብባሀርይ፣ ብመለኮት፣ ብኽብሪ፣ ብምስጋን፣ ብሥልጣን፣ ኻሎ ፍጥረት ብምፍጣር፣ ብፍቓድ፣ ኃጢኣት ይቕረ ብምባል፣ ብዘይትልወጥ ፍልጠት በረኸት ብምሃብን ሓደ እዮም።
፲፪ ዝንቱ ሥላሴ ቀዳማዊ በገጻት ወአካላት ወበመልክዓት ዘነአምሮ ለአብ በከመ አብ ፍጹም አምላክ ዘበአማን በገጹ ወበአካሉ ወበመልክዑ ወኢይትረከብ በከመ ኵኑ ስምዐ መጻሕፍት።	12 እዚ ሠለስትነትዚ ኸኣ ብገጽ ብኣካል ብመልክዕ ቀዳማዊ እዩ። ንአብ ንፈልጦ ኢና፣ አብ ብገጹ ብኣካሉ ብመልክዑ ዘሎ ፍጹም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ከምቲ መጻሕፍቲ ዝምስክርዎ ኣይምርመርን እዩ።
፲፫ ወነአምሮ ለወልድ ከመ ውእቱ ወልድ ፍጹም አምላክ ዘበአማን ወቦቱ ኵሉ ዘተናገርነ በእንተ አብ እምህላዌሁ ውእቱ ወኢየአምር ካልአ አበ ዘእንበሌሁ ወውእቱ ፩ዱ ገጽ እምሠለስቱ በአካሉ ወበመልክዑ በኵሉ።	13 ንወልድ ንፈልጦ ኢና፣ብገጹ ብኣካሉ ብመልክዑ ዘሎ ፍጹም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ካብ ባህርይ አብ ዝተረኽበ እዩ። ኵሉ እቲ ብዛዕባ አብ ዝበልናዮ ገንዘቡ እዩ። ብዘይካኡ ካልእ ኣቦ ኣይፈልጥን። ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ብኣካሉ ብመልክዑ ዘሎ ፍጹም እዩ።
፲፬ ወነአምሮ ለመንፈስ ቅዱስ ከመ ውእቱ መንፈስ አምላክ ፍጹም ዘከመ ዕበየ ባሕርየ አብ ወወልድ በገጹ ወበአካሉ ወበመልክዑ።	14 ንመንፈስ ቅዱስ ውን ንፈልጦ ኢና። መንፈስ ቅዱስ ከም አብ ከም ወልድ ከም ዕብየት ባህሪኡም ብገጹ ብኣካሉ ብመልክዑ ዘሎ ፍጹም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና።
፲፭ ወዓዲ ነአምን በእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ከመ ወላዲተ አምላክ በሥርዓተ ትሥጉቱ እምእገለ እመሕያው ወበደኃሪ መዋዕል መጽአ ለመድኃኒተ እገለ እመሕያው ወተሠገወ እምሥጋሃ ለዛቲ ቅድስት ድንግል ማርያም ዘእንበለ ደነስ ወዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ።	15 ከምኡ ውን በቲ ሥርዓት ካብ ባህርይ ሰብ ዝወሰዶ ሥጋ፣ ኣምላኽ ብዝወለደት ብእመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣምን ኢና። ብዳጎረዋይ ዘመን ሰብ ንምድኃን ከምዝመጸ ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ብዘይ ኃጢኣት ካብዛ ንጽሕቲ ድንግል ማርያም ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍስ ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን ኢና።
፲፮ ወባሕቱ ነሥአ ሥጋ እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም ወአዳም ቀዳሚ ብእሲ ወተወሐደ አምላክ ቃል በሥጋ	16 ካብ ባህርይ ዳዊት፣ ኣብርሃም፣ ካብቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ሥጋ ለበሰ። ኣምላኽ ቃል ቤቲ ኣምላኽነት ገንዘቡ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
ዘነሥአ እምቅድስት ድንግል ማርያም በፅዱ ህላዌ መለኮታዊ ዘእማሕፀን። ሮሜ ፩፡፫። ፱፡፭-፱።ገላ ፫፡፲፭-፲፯። ዕብ ፪፡፲፮ ።	ዝኾነ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ካብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ተዋሓደ። ሮሜ 1፡3። 9፡5-9። ገላ 3፡15-17። ዕብ 2፡16።
፲፯ ኢይትረከብ ወኢይትዌለጥ እምዘቦቱ ዕበየ መለኮት ወበህላዌሁ ዘኢይትገመር እንዘ ውእቱ ውስተ ከርሠ ድንግል ተወልደ ከመ ሕፃን ወጠበወ ሐሊበ እምአጥባተ ድንግል ንጽሕት ማርያም አንሶሰወ ውስተ ምድር ከመ ሰብእ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፩። ፬፡፲፯-፳፩። ሉቃ ፪፡፩-፳። ፬፡፲፮-፴፩። ፲፩፡፳፯-፳፱።	17 ኣይምርመርን እዩ፡ ካብቲ ዝነበሮ ክብሪ ጐይትነቱ ኣይልወጥን እዩ። ኣብ ማኅፀን ድንግል ከሎ ብባህርይ ዘይውሰን ንሱ ሕፃን ኮይኑ ተወልደ። ካብ ድንግል ማርያም ጸባ ጠበወ፡ ኣብዚ ዓለም'ዚ ከም ሰብ ነበረ። ማቴ 1፡18-25። 4፡17-25። ሉቃ 2፡1-20።4፡16-31።11፡27-29።
፲፰ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ በፈቃዱ እንዘ ውእቱ ፅዱ ህላዌ ምስለ ሥጋሁ ዘጥዕመ ቦቱ ሞተ በእንቲኣነ እስከ አድኅነነ በደሙ አምላካዊ ዘተክዕወ በእንቲኣነ ወምስለ ዝንቱ ኵሉ ኢተወለጠ እምዘሀሎ ቦቱ እምዕበየ መለኮት ዘኢይትረከብ ወበህላዌ መለኮት ዘኢይትረከብ።	18 ፈትዩ ብሥጋ ሞተ። ምእንታና ምስ ዝሞተሉ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ፡ ምእንታና ብዘፍሰሶ ኣምላካዊ ደም ክሳዕ ዘድኅነና በጽሐ። እዚ ኵሉ ክሽውን ከሎ ካብ ዘለዎ ካብ ዘይምርመር ክብሪ ጐይትነቱ ኣይተለወጠን፡ ብባህርየ መለኮት ውን ዘይምርመር እዩ።
፲፱ ወለደት ድንግል ዘፀንሰቶ እንዘ ኢተአምር ብእሴ በሥጋ ዘፈጠሮ ለርእሱ ወወለደቶ ዘእንበለ ደነስ ወሕማም ወኢረስሐት በሐሪስ ሐፀነቶ ዘእንበለ ፃማ ወድካም ወአጥበወቶ ዘእንበለ ድካም ወአልጎቀቶ በሕግ ዘሥጋ ዘእንበለ ትካዝ።	19 ድንግል ሰብኣይ ከይፈለጠት፡ ክዋሓዶ ንዝፈጠሮ ሥጋ ነቲ ዝፀነሰቶ ወለደት። ብዘይ ኃጢኣት ብዘይ ዓዕሪ ወለደቶ። ልማድ ሓራሳት ኣይረኸባን። ብዘይ ድኻም ብዘይ ምስልካይ ኣዕበየቶ። ብዘይ ድኻም ውን ኣጥበወቶ፡ ቦቲ ብሕጊ ሥጋ ዝግባእ እንታይ ከብልያ እንታይ ይክድኖ ከይበለት ኣዕበየቶ።
፳ ወአምነት ዘእንበለ ተኃሥሦ ከመ ውእቱ ቃለ አብ አምላክ ቃል ሥግው ዘውእቱ እመለኮተ አብ በፈቃዱ ዘኢይትረከብ ወኢይትዌለጥ እምህላዌ ዕበየ መለኮቱ ዘውእቱ ፅዱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ። ሉቃ ፩፡፴፭ ።	20 ካብ ባህርይ ኣብ ዝተረኽበ ፈትዩ ውን ሥጋ ዝተዋሓደ ኣምላኽ ቃል፡ ካብቲ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾነ ልዑል ባህርየ መለኮቱ ዘይልወጥ ዘይምርመር ቃለ ኣብ ከምዝኾነ ከይተጠራጠረት ኣመነት። ሉቃ 1፡38
፳፩ ወካዕበ ነአምን ትንሣኤ ሙታን ጻድቃን ወኃጥኣን ወሀለዎሙ ይትነሥኡ ኵሎሙ እንበለ ሙስና ወይትፈደዩ እምኀበ ፈጣሪሆሙ እመሂ ሠናየ ወእመሂ እኩየ።	21 ከምኡ ውን ትንሣኤ ናይ ጻድቃንን ኃጥኣንን ንኣምን ኢና። ኵሎም ኣካል ከይጐደሎም ክትንሥኡ እዮም። ጽቡቕ ኮነ ክፉእ ካብ ፈጣሪኦም ክቕበሉ እዮም።

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
መዝ ፷፪(፷፩)፡ ፲፪።ማቴ ፳፩፡፴፭-፴፮። ሮሜ ፪፡፮። ፲፩፡፲፱። ፪ቆሮ ፭፡፲።	መዝ 62(61)፡12። ማቴ 25፡31-41። ሮሜ 2፡6። 14፡9። 2ይ ቆሮ 5፡10።
፳፪ ወካዕበ ነአምን በቀዮርባን ቅዱስ ከመ ውእቱ ሥጋ ወደም ማሕየዊ ዘእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘውእቱ እምቅድመ ይቀድሶ ካህን ጎብስት ወወይን ወሶበ ይቄድሶ ካህን ይወርድ ላዕሌሁ መንፈስ ቅዱስ ወይትመየጥ እምከዊነ ጎብስት ኀበ ከዊነ ሥጋ ዘወልደ እግዚአብሔር ቃል ዘበአማን ወከማሁ ጽዋዕኒ ይትመየጥ እምከዊነ ወይን ኀበ ከዊነ ደም አምላካዊ ዘወልደ እግዚአብሔር በህላዌሁ እንዘ ውእቱ ይትወሐድ ምስለ ሥጋሁ። መዝ ፬፡፯። ማቴ ፳፮፤ ፳፮-፴።ዮሐ ፮፡፶፮-፶፯።፩ቆሮ ፲፡፲፩-፲፮። ፲፩፡፳፫-፴፪።	22 ከምኡ ውን በቲ ዘድኅን ናይ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ዝኾነ በቲ ቅዱስ ቀርባን ንአምን ኢና። እቲ ካህን ከየኽበሮ ከሎ ጎብስቲ ወይኒ ዝነበረ፡ እቲ ካህን ምስ ኣኽበሮ ግና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ይወርድ እሞ ካብ ጎብስቲ ምኻን ናብ ኣማናዊ ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔር ቃል ምኻን ይልወጥ። ከምኡ ድማ እቲ ወይኒ ካብ ወይኒ ምኻን ናብ ኣምላኻዊ ደም ወልደ እግዚኣብሔር ምኻን ይልወጥ። ምስቲ ሥጋኡ ውን ሓደ ይኸውን። መዝ 4፡7። ማቴ 26፡26-30። ዮሓ 6፡26-27። 1ይ ቆሮ 10፡14-17። 11፡23-32።
፳፫ ወካዕበ ነአምን በኣሐቲ ጥምቀት ዳግም ልደት ዘእመንፈስ ቅዱስ ዘይሬስዮ ለሰብእ ሐዲሰ ልደተ ዘከሠተ ለነ መድኃኒነ ሶበ ኮነ ሰብአ ወአስተርአየ ውስተ ዓለም በፈለገ ዮርዳኖስ። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯።ዮሐ ፩፡፲፩-፲፫።፫፡፫-፱።ቲቶ ፫፡፬-፯።ዮሐ ፭፡፭-፰።	23 ከምኡ ውን በታ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተረኽበት ዳግማይ ልደት ዝኾነት ብሓንቲ ጥምቀት ንኣምን፡ ንሰብ ብልደት ሓድሽ ዝገበሮ መድኃኒና ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለም'ዚ ምስ ተራእየ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝገለጸልና እያ። ማቴ 3፡13-17። ዮሓ 1፡11-13።3፡3-9። ቲቶ3፡4-6። 1ይ ዮሓ 5፡5-8።
፳፬ ወዓዲ ነአምን በዳግም ምጽአቱ ለእግዚእነ ወበከመ ዐርገ ሰማያተ ተዋሒዶ ምስለ ሥጋሁ ዘነሥአ እምእጓለ እመሕያው ወአንበሮ በስብሐተ መለኮቱ በየማነ አብ ከማሁ ይመጽእ ቃለ እግዚአብሔር ሕያው በዝንቱ ሥጋ እጓለ እመሕያው ዘተዋሐደ ምስሌሁ ዘእንበለ ፍልጠት ወረሰዮ ኮለንታሁ ለዓቱ በ፩ዱ ህላዌ መለኮታዊ። ማቴ ፳፭፡፴፩-፴፮። ማር ፲፮፡፲፱። ግብ ሐዋ ፩፡፱-፲፩ ።	24 ከምኡ ኸኣ በቲ ናይ ጐይታና ዳግማይ ምጽኣቱ ንኣምን። ካብ ባህርይ ሰብ ንዝወሰዶ ሥጋ ተዋሒዱ ናብ ሰማይ ከምዝዓረገ፡ ኣብ ባህርየ ክብሩ ማዕረ አብ ከምዘንበሮ፡ ከምኡ ድማ ሕያው ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ብዘይምፍላይ ብዝተዋሓሓዶን ብሓደ ባህርይ ፍጹም ኣካሉ ብዝገበሮን ብክበበ ትስብእት ኪመጽእ እዩ።ማቴ 25፡31-41። ማር 16፡19። ግብ ሓዋ 1፡9-11።
፳፭ ወትእምርተ ሕማምሂ ዘተወክፈ በሥጋሁ ዘበሥምረቱ ዲበ ዕፀ መስቀል እንዘ ሀሎ ውስተ ዓለም በእንቲኣነ ያስተርኢ ክሡተ በሥጋሁ ዘረሰዮ ሥጋ አምላካዊ ዘበአማን	25 ኣብ ዓለም ከሎ ምእንታና ኣብ ልዕሊ መስቀል ፈትዩ ብሥጋ ዝተቐበሎ ነዚ ናይ ሕማም ምልክት'ዚ ብሓንቲ መንግሥቲ ብዘይምርመር ብሓደ ኣገዛዝኣ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ወልድ ዋሕድ፡

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
በአሐዱ ህላዌ ወበአሐዱ መለኮት ወበአሐዱ አካል ወልድ ዋሕድ በአሐቲ መንግሥት ወበአሐዱ ምልክና ዘኢይትረከብ ዘህሎ እምቀዲሙ። ራእ ዮሐ ፩፡፮-፱።ዮሐ ፲፱፡፴፯።ዘካ ፲፪፡፲።	ብሓደ ባህርይ ብሓደ መለኮት ብሓደ ኣካል ናይ ባህርይ ኣምላኽ ብዝገበሮ ሥጋኡ ተገሊጹ ይርኣ። ራእ ዮሓ 1፡6-9። ዮሓ 19፡37። ዘካር 12፡10።
፳፮ ወይመጽኡ ምስሌሁ ኵሎሙ መላእክቲሁ ቅዱሳን እለ እሙንቱ ጽኑዓን መናፍስት እሳታውያን እንዘ ይነብር በመንበረ ስብሐቲሁ በየማነ ኀይል ወይትጋብኡ ኀቤሁ ኵሎሙ አሕዛብ ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ እመኒ ሠናየ ወእመኒ እኩየ። መዝ ፺፬(፺፫)፡፬።ዳን ፯፡፲፫። ማቴ ፳፭፡፳፭-፴፩። ፳፭፡፴፩-፵፩። ፩ተሰሎ ፫፡፲፫። ይሁ ፩÷፲፭።	26 ኃይሊ ብዘለዎ ሥልጣን ብዙፋን ጐይትኑቱ ክግለጽ ከለ እሳታውያን ረቂቃን ኃያላን ዝኾኑ ቅዱሳን መላእክት ተኸቲሎምዎ ክመጹ እዮም። ኵሎም ኣሕዛብ ውን ኣብ ቅድሚኡ ክእከቡ እዮም። ጽቡቕ ኮነ ክፉእ ንኵሉ ከከም ግብሩ ኪኸፍሎ እዩ። መዝ 104(103)፡4። ዳን 7፡13። ማቴ 24፡28-31። 25፡31-41። 1ይ ተሰሎ 3፡13። ይሁ 1፡15።
፳፯ ወካዕበ ነአምን በአሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ዘነበበ ውስቴታ መንፈስ ቅዱስ ወንሕነኒ አመነ ወነአምን ካዕበ በኵሉ ዘተብህለ በእንተ አሐዱ መለኮት ወቅድስት ሥላሴ ዕሪት። ዮሐ ፩፡፩-፩። ፲፡፴። ፲፭፡፳፮።	27 ከምኡ ውን ሓዋርያት ብዝኣከብዋ መንፈስ ቅዱስ ኃዲሩ ብዝተዛረበላ ንሕና ውን ብዝኣመንናያ ብዝኸበረት ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ከምኡ ድማ ብዛዕባ ሓደ መለኮትን ኵሉ'ቲ ብዛዕባ ዝተፈልየት ዝተቸኸለት ሠለስትነትን ዝተነግረ ንኣምን። ዮሓ 1፡1-4። 10፡30። 15፡26።
፳፰ ወኵሉ ዘተብህለ በእንተ ፍጡራን ዘላዕሉ ወኵሉ ዘህሎ ውስተ ምድር ወዘመትሕተ ምድር ከመ እሙን ውእቱ ወባሕቱ ኢነአምር ወኢንጠይቅ ረኪበ ፍጥረቶሙ። መዝ ፻፴፭(፻፴፬)፡፮። ኢሳ ፵፭፡፳፫። ፊል ፪፡፲። ራእ ዮሐ ፭፡፲፫።	28 ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ብዘለዉ ፍጥረታት ዝተነግረ ኵሉ ሓቂ ከምዝኾነ ንኣምን። እንተኾነ ግና ናይ ፍጥረቶም ነገር መርሚርና ኣይንፈልጠን ኢና። መዝ 135(134)፡6። ኢሳ 45፡23። ፊል 2፡10። ራእ ዮሓ 5፡13።
፳፱ ወነአምን ኵሎ ዘተብህለ በእንተ መለኮት ከመ ቦቱ ፫ቱ አካላት ወሠለስቱ ገጻት ወሠለስቱ መልክዐት ዘሥሉስ ቅዱስ ዘከመ ተብህለ ውስተ መጻሕፍተ ጉባኤ ቅዱሳት ወዘተብህለ በእንቲኣሆሙ ጽድቅ ውእቱ ።	29 እዞም ሥሉስ ቅዱስ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት፡ ሠለስተ ገጻትን ሠለስተ መልክዓ ትን ከምዘለዎም ብዛዕባ መለኮት ዝተነግረ ኵሉ ንኣምን። ብክቡራን መጻሕፍቲ ሠለስቱ ምእት ከምዝተነግረ፡ ብዛዕባኡ ዝተነግረ ሓቂ እዩ።
፴ ወባሕቱ ኢንረክብ አእምሮቶሙ ወለብዎቶሙ ዘእንበለ ዳእሙ በሃይማኖት ወኵሉ ዘተብህለ ከመ ቦ	30 መርሚርካ ኣይፍለጥን እዩ። ብእምነት ንእግዚኣብሔር ኣዕይንቲ፡ ኣእዛን፡ ኣእዳው፡ ኣእጋር ከምዘለዎ ዝተነግረ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
ለእግዚአብሔር አዕይንት ወአዕዛን አእዳው ወአእጋር ወኮሉ ዘተጽሕፈ ውስተ ቅዱሳት መጻሕፍት በእንተ እግዚአብሔር እሙን ወጽዱቅ ውእቱ ወቦቱ ለእግዚአብሔር ኮሉ ዘዘከርነ ወዳእሙ ኢይትረከብ ወኢይትአመር። መዝ ፴፬(፴፫)፡፲፭። ፻፲፱(፻፲፰)፡፸፫። ፩ጴጥ ፫፡፲፪። ራእ ዮሐ ፩፡፲-፲፯።	ኮሉን ብዛዕባ እግዚአብሔር ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተጻሕፈ ኮሉን፣ እሙንን ርዱእን እዩ። ኮሉ'ቲ ዝተዛረብናዮ ንእግዚአብሔር ኣለዎ፣ ግና ኣይምርመርን ኣይፍለጥን እዩ። መዝ 34(33)፡15። 119 (118)፡73። 1ይ ጴጥ 3፡12። ራእ ዮሓ 1፡13-17 ።
፴፩ ወኮሉ እንለ እመሕያው ተፈጥሩ በአርአያ እግዚአብሔር ወበአምሳሌሁ በከመ ይቤላ ቅዱሳት መጻሕፍት ወዳእሙ ኢንክል አብጽሖተ አእምሮቱ ዘከመ ኀብሩ አርባዕቱ ጠባይዐት።	31 ከምቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝብልዎ፣ ኮሎም ሰባት ብኣርኣያን መልክዕን እግዚኣብሔር ተፈጥሩ። እንተኾነ ግና ኣርባዕተ ባህርያት (ጠባያት) ከምዝተዋሓዱ መርሚርካ ምፍላጥ ኣይክኣልን እዩ።
፴፪ ወውስቴቶሙ መንፈሰ ሕይወት እንዘ ኢየኀብር እሳት ምስለ ማይ ወመሬት ምስለ ነፋስ ወእግዚአብሔር ከሀሊ ገብረ ዘንተ ኮሎ አስተናቢሮ ዘከመ የአምር። ዘፍጥ ፩፡፩-፳፰። ፪፡፯። ፩ቆሮ ፲፪፡፲፩-፳፯። ፲፭፡፵፭-፶፩።	32 ምስኣም ናይ ሥጋ ሕይወት ዝኾነት ነፍሲ ውን ተዋሓሒዳቶም ከምዘላ፣ ሓዊ ምስ ማይ፣ መሬት ምስ ንፋስ ዘይሰማማዕ ከሎ ኮሉ ዝኽእል እግዚኣብሔር ከምዝፈለጠ ንኮሉ ኣሰማሚዑ ፈጠረ። ዘፍጥ 1፡1-28። 2፡7።1ይ ቆሮ 12፡14-27።15፡45-51።
፴፫ ወንሕነኒ ኢንሕትት አላ ንረሲ ኮሎ አእምሮ ለእግዚአብሔር እስመ ውእቱ የአምር ፍጥረቶ ወለሊሁ ፈጣሪሆሙ ።መዝ ፻፫(፻፪)፡፲፬። ማቴ ፭፡፫። ዕብ ፬፡፲፪-፲፫።	33 ንሕና ውን ኣይንመርምር፣ ኮሉ ፍልጠት ንእግዚኣብሔር ደኣ ንግበር እምበር፣ ከመይ ንፍጥረቱ ዝፈልጦን ዝፈጠሮን ንሱ እዩ። መዝ 103(102) ፡14። ማቴ 5፡3። ዕብ 4፡12-13።
፴፬ ነአምን ካዕበ ወንትአመን እስመ እግዚአብሔር ገብሮ ለሰብእ በአርአያ መልክዑ ወበአምሳሊሁ ወበዝንቱ ተሰነዐዉ አበው ቅዱሳን እለ ተጋብኡ በኒቅያ ወአርትዑ ሃይማኖተ።	34 ከምኡ ውን እግዚኣብሔር ንሰብ ብመልክዑን ብምስሉን ከምዝፈጠሮ ፈጺምና ንኣምን። በዚ ውን እቶም ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡን ሃይማኖት ዘቕንዑን ዝኸበሩ ኣቦታት 318 ሓደ ኮኑ።
፴፭ ወይቤሉ እስመ እግዚአብሔር ረሰዮ ለሰብእ ሥሉጠ ላዕለ ኮሉ ዘፈጠረ መትሕተ ሰማይ ወወደየ ውስቴቱ መንፈሰ ቅዱሰ ወረሰዮ ድልወ ይትቀነይ ሎቱ ወይትለአኮ ከመ መላእክት እንዘ ሀሎ ውስተ ምድር በምግባር ሠናይ ወበሃይማኖት ርትዕት ዘሥላሴ ቅድስት ወዓዲ በጥምቀተ ማይ ዘውእቱ አርአያ ልደት ሐዲስ ዘእመንፈስ ቅዱስ ወዓዲ ረሰዮ ድልወ	35 እግዚኣብሔር ኣብ ትሕቲ ሰማይ ኣብ ዝፈጠሮ ኮሉ ንሰብ ገዛኢ ከምዝገበሮ፣ መንፈስ ቅዱስ ውን ከምዘጎደረሉ፣ ኣብዚ ዓለምዚ ከሎ ብሠናይ ግብርን ንሥላሴ ብምእማንን ከምኡ ውን ብጥምቀት ከም መላእክቲ ከገልገሎን ንእኡ ንክግዛእ ብቑዕ ከምዝገበሮን፣ እዚ ኽኣ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተረኽበ ናይ ሓድሽ ልደት ሥራሕ እዩ። ከምኡ ድማ መለኮት ዝተዋሓዶ ሥጋኡን ደሙን ንምቕባል ብቑዕ ከምዝገበሮ ተዛረቡ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፷፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
ለነሚአ ምሥጢራቲሁ ዘውእቱ ሥጋሁ ወደሙ አምላካዊ።መዝ ፷፫፡፭-፱። ፻፲፭(፻፲)፡፭-፲። ፻፲፫(፻፲፪)፡፯-፰። ዮሐ ፷፡፷፪። ማር ፲፮፡፲፮። ዮሐ ፮፡፷፮-፰፬።	መዝ 8፡5-9። 111(110)፡1-3። 113(112) ፡7-8። ዮሓ 20፡22። ማር 16፡17። ዮሓ 6፡26-64።
፴፮ ወበእንተ ዝንቱ ተዋረሰ ሰብእ ሱታፌ ዝንቱ መንፈስ በሀብቱ ወተሰምዩ ሰብእ ደቂቀ እግዚአብሔር ወአዋልድኒ ንጹሐት ተሰምያ መራዕወ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ። ሮሜ ፰፡፳፭። ፭ዮሐ፭፡፲። ኤፌ ፭፡፴፪። ዮሐ ፭፡፲፭።	36 ስለዚ ሰብ ብውልድነት ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓድነት ገበረ። ሰባት ውን ደቂ እግዚአብሔር ተሰምዩ። ንጹሓት ደናግል ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝዋሓደን መርዓውቲ ተባህላ። ሮሜ 8፡21። 1ይ ዮሓ 1፡3። ኤፌ 5፡32። ዮሓ 1፡11።
፴፯ ወእምድኅረ ገደፉ ዘንተ ሥጋ መሬታዊ ይወርሱ መንግሥተ ሰማያት ወሥጋሂ ኢይትገደፍ ለዝሉፉ ወባሕቱ ይትነሣእ ድኅረ ወትትመየጥ ነፍስ ውስቴቱ ዳግመ በዕለት ዘሠርየ እግዚአብሔር በከመ ይቤ ጳውሎስ ይዘራእ በኃሣር ወይትነሣእ በክብር። ማቴ ፲፮፡፳፬። ፩ቆሮ ፲፭፡፴፭-፶፭። ፩ተሰሎ ፬፡፲-፲፰።	37 ነዚ መሬታዊ ሥጋ ኣብ መቓብር ድኅሪ ምጎዳኻም መንግሥተ ሰማያት ይወርሱ፡ ሥጋ ደኃር ኪትንሥእ እዩ እምበር ፈሪሱ በስቢሱ ንዘለዓለም ኣይተርፍንዩ። እግዚኣብሔር ኣብ ዝወሰኖ መዓልቲ ውን ነፍሲ ካልኣይ ክትዋሓድ እያ። “ብሓሣር ይዝራእ ብኽብሪ ድማ ይትንሥእ” ክብል ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝተዛረቦ። ማቴ 16፡24። 1ይ ቆሮ 15፡35-55። 1ይ ተሰሎ 4፡13-18።
፴፰ ወካዕበ ነአምን ከመ እግዚአብሔር አምላክ አስተርአየ ለአበው ቀደምት ቅዱሳን ነቢያት ወጻድቃን ወነጸርዎ ወውእቱ ነበቦሙ በከመ ይቤላ ቅዱሳት መጻሕፍት አኮ በሐልዮ ወኢበምትሐት ወኢበአምሳል አላ እሙነ ወጽዱቀ አስተርአዮሙ ወነበቦሙ ዘከመ ፈቀደ ውእቱ ዘከመ ነገራነ መጻሕፍት። ዘፍ ፲፪፡፩። ፲፭፡፲። ፲፰፡፩-፰። ዘፀዓ ፫፡፪። ዘዳግ ፴፫፡፪። ግብ ሐዋ ፯፡፩-፴፩።	38 ከምኡ ኸኣ ነቶም ቀዳሞት ኣቦታት ንነቢያትን ንጻድቃንን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከም ዝተገልጸሎም ንኣምን፡ ርኣይዎ ንሱ ኸኣ ተዛረቦም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምዝተናገራ። ሓሲቡ ዝተረፈ ኣይኮነን፡ ብሓሶት ኣይኮነን፡ መሲሉ ብምርኣይ ውን ኣይኮነን ቅዱሳት መጻሕፍት ከምዝነግራና ንሱ ብዝፈተዎ ብግልጺ ተራእዮምን ተዛረቦምን ደኣ እምበር።ዘፍ 12፡1።15፡7።18፡1-8። ዘፀአ 3፡2። ዘዳግ 33፡2። ግብ ሐዋ 7።1-31።
፴፱ ወኢንበል ዘከመ እፎ ኮነ ዝንቱ ወዳእሙ ንበል ዘእንበለ ተነሥሦ በከመ ይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት በእንተ መለኮት መንፈሳዊ ዘኢይትረከብ አብ ዘኢይትረከብ ወልድ ዘኢይትረከብ መንፈስ ቅዱስ ዘኢይትረከብ። ዮሐ ፬፡፳፬	39 እዚ ስለምንታይ ከምዚ ኮነ፡ ኣይንበል። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝበላ ረቂቕ ዝኾነ ዘይምርመር ነገረ መለኮት ብዘይጥርጥር ንእመን ደኣ እምበር። ኣብ ዘይምርመር እዩ፡ ወልድ ዘይምርመር እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ዘይምርመር እዩ። ዮሓ 4፡24።
፵ ዘከመ ፈቀደ ውእቱ ነበበ ወዘከመ ፈቀደ ውእቱ ተርእየ ወዘከመ ፈቀደ ነጸርዎ ወዘከመ ፈቀደ ፈጠረ ወዘከመ	40 ንሱ ከምዝፈተዎ ተዛረበ፡ ንሱ ከምዝፈተዎ ተራእየ፡ ከምዝፈተዎ ርኣይዎ፡ ንሱ ከምዝፈተዎ ፈጠረ፡ ንሱ ከምዝፈተዎ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፰	ዘአትናቴዎስ ም. 28
ፈቀደ ነሥአነ ኀቤሁ በሀብቱ በእንተ ምግባረ ሠናይ ንጽሕት ወዘከመ ፈቀደ ከሠተ ምግባራቲሁ ለኵሉ ለለዕዱ ዕዱ እምቅዱሳኒሁ ዘከመ ድልወቱ ወዘከመ ኀሩቱ። መዝ ፻፲፭(፻፲፬)፡፫። ዕቆሮ ፲፪፡፬-፲፪። ኤፌ ፪፡፲፪-፲፱።	ሠናይ ተግባር ንቹንሠርሕ ብለውሃቱ ናብ ኣቦኡ ኣቕረበና፣ ንፈተውቱ ንነፍስ ወከፍ ምሃብ ከም ዝግብኦ ከም ለውሃቱ ንሱ ከምዝፈተወ ሥራሑ ገለጸ። መዝ 115 (114)፡3። 1ይ ቆሮ 12፡4-12። ኤፌ 2፡12-19።
፵፩ ወኢንትኀሠሥ ዘከመ እፎ ኮነ ወበአይ አምሳል ወዳእሙ ንኅድግ ኵሎ አእምሮ ለእግዚአብሔር እስመ ውእቱ ፈጣሪ ወዘየዐቢ ትእዛዝ ከመ ንእመን በቃለ ኦሪት ወነቢያት ወወንጌል ወሐዋርያት። ማቴ ፭፡፲፯-፳። ዮሐ ፳፡፴-፴፩። ፪ጴጥ ፫፡፪ ።	41 ከመይ ኢሉ ኮነ፡ ብምንታይ ሥራሕ ተሠርሐ፡ ኢልና ኣይንመርምር። ከመይ ዝፈጠረ ንሱ እዩ እሞ ፍልጠት ኵሉ ንእግዚኣብሔር ደኣ ንኅደጎ። እቲ ዝበለጸ ትእዛዝ ከኣ ብቃል ኦሪትን ነቢያት ብወንጌልን ሓዋርያትን ንኽንኣምን እዩ። ማቴ 5፡17-20። ዮሓ 20፡30-31። 2ይ ጴጥ 3፡2።
፵፪ እሉ እሙንቱ መጻሕፍት ዘሠምረ እግዚአብሔር ይክሥቶሙ ለከ ኦ ንጉሥ ከመ ይኩኑከ መድኃኒተ ለነፍስከ እምሃይማኖቱ ርኵስት ለአርዮስ መስሐቲ ወእሊአሁ እለ አስሐቱከ ወአስሐቱ ሕዝበ ብዙኃን።	42 ኦ ንጉሥ ካብታ መስሐቲ ኣርዮስን ነኣኻ ዘስሓቱን ንብዙኃት ሕዝቢ ውን ዘስሓቱ ወገናቱን ዝኣምንዋ ርኽስቲ ሃይማኖት፡ መድኃኒት ነፍሽኻ ምእንቲ ክኾኑካ፡ እግዚኣብሔር ክገልጸልካ ዝፈተዎም መጻሕፍቲ እዚኣቶም እዮም።
፵፫ ወይእዜኒ ኦ ንጉሥ እመኒ ታሠምረከ ኵላ ዛቲ ሃይማኖት ዘነገርናከ ወከሠትነ ለከ ወተአምን ከመ ይእቲ ሃይማኖት ርትዕት ፈኑ ኀበ ኵሎሙ ኤጲስ ቆጶሳት ቅዱሳን ዘሰደድከሙ ወተሀውኩ እመናብርቲሆሙ በትእዛዝከ በእንተ አርዮስ ዕልው ወሚጠሙ ውስተ አህጉሪሆሙ ወመናብርቲሆሙ።	43 ኦ ንጉሥ ሕጂ ውን እዛ ዝነገርናካን ዘረዳእናካን ዝቐንዐት ሃይማኖት ከምዝኾነት እንተ ደኣ ኣሚንካ፡ ነዚ ከሓዲ ኣርዮስ ደስ ንከተብል ብዝኣዘዝካዮ ትእዛዝ ናብቶም ዘሳደድካዮምን ካብ ሹመቶም ዝተሣዕሩን ኤጲስቆጶሳት ልኣኽ፡ ናብ ሃገሮምን ናብ መንበሮምን ውን ምለሶም።
፵፬ ወሶበ ፈጸመ ዝንቱ አብ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገር ዐባይ እለእስክንድርያ ነገሮ አውሥአ ንጉሥ ወይቤሎ በቃል ልዑል አንተ ውእቱ አዘካሬ ኀጒት ወሠናያት እስመ ገሠፅከነ ብዙኃ ጊዜያተ ወዐለውናከ ወተወከፍነ ስሕተቶ እኩየ ለአውሳብዮስ ዐርኩ ለአርዮስ ዕልው ወይእዜኒ ዕበየ መንግሥትየ ረሰየተከ ድልወ ለክብር ወለዕበይ ሃየንተ ጻማ ወሁከት ዘረከበከ ።	44 ናይታ ዓባይ ሃገር እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት እዚ ቅዱስ አቦ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ነገሩ ምስ ፈጸመ፡ ንጉሥ ከኣ መሊሱ ብኽብ ዝበለ ቃል፡- ጸጽቡቹ ነገር እተዘኻኽር ንሰኻ ኢኻ፡ ምኽንያቱ ደጋጊምካ መኺርካና ኔርካ ግና ኣይተቐበልናካን ነይርና። ናይ ዋና ፈታዊ ከሓዲ ኣርዮስ ዝኾነ ኣውሳብዮስ ክፉእ ስሕተት ተቐቢልና ነይርና፡ ሕጂ ግና ስለቲ ዝበጽሓካ መከራ እዛ ዓባይ መንግሥተይ ንኽብርን ንኣቦነትን ኣብቅዓትካ በሎ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፷፯ ም. ፷፱

፵፭ ወይእዜሰ አነ አአምን በእሉ በ፲፪ቱ ወ፪ቱ ትእዛዛት ዘነገርከኒ ሊተ እምነተ ጽኑዐ ወጽዱቀ ለዓለመ ዓለም ወለትውልደ ትውልድ ወስብሐት ለእግዚአብሔር አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፷፱ ክፍል ፲፭

፩ መልእክት እምኀበ አቡነ ቅዱስ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገር ዐባይ እለእስክንድርያ ዘተፈነወት ኀበ አክኒጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ቆሮንቶስ።

፪ አንሰ እሔሊ ከመ ኮሉ ነገረ ዐላውያን አብጠለ እምነ መካናት በእንተ ጉባኤ ዘኮነ በኒቅያ። ወባሕቱ ሃይማኖት እንተ ተአመኑ ባቲ አበዊነ በውእቱ መካን ተአክለነ ከመ ናኅጕል ባቲ ኮሎ ዐመፃ ወከመ ናትርፍ ሃይማኖተ ርትዕተ እንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።

፫ ወዓዲ በእንተ ዝንቱ እለ ተጋብኡ በገሊላ ወበአስባንያ ወበሮምያ ዐባይ ወኮሎሙ እለ ተጋብኡ ተሀውኩ በተሰናእዎ በ፭ዱ መንፈስ ወበአሐቲ ሥርዐት አውገዙ ኮሎ ዘየአምን ሃይማኖቶሙ ለአርዮሳውያን ወኮሎሙ እለ የአምኑ ሃይማኖቶሙ በኀቡዕ ወእሙንቱ ክስስጢስ ዘሀገረ መድብሎስ ወአውርስፊስ ወአብላስ ወጋቦስ ዘይሰመይ ባንያ።

፬ ወካዕበ ጸሐፉ ኀበ ኮሉ መካናት ከመ ይግበሩ ጉባኤ ወባሕቱ ኢይሰመይ ስመ ጉባኤ ውስተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ዘእንበለ ዳእሙ እለ ተጋብኡ በኒቅያ።

፭ ወእሙንቱ የኀሥሩ ኮሎ ዐመፃሆሙ ለዐላውያን ወፈድፋደሰ ለአርዮሳውያን እስመ በእንቲአሆሙ ኮነ ማኅበር ወይእዜኒ በአይ አምሳል ተሀበሉ ሰብእ

45 ለሚ ግና በዘን ዝነገርካኒ 12 ትእዛዛት እዚኣተን ንዘለዓለም ንውሉድ ወለዶ ጽኑዕ ርዱእ እምነት ኣሚነ ኣለኹ፡ ንእግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይግባእ፡ ለምን ዘወትርን ንዘለዓለም ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 29 ክፍሊ 15

1 ናይ'ታ ዓባይ ሃገር እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ቅዱስ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ናብ ኣክኒጦስ ኤጲስቆጶስ ናይ ሃገረ ቆሮንቶስ ዝተላእከት መልእኽቲ እዚኣ እያ።

2 በቲ ኣብ ኒቅያ ዝተገብረ ጉባኤ፡ ኣብ ኮሉ ቦታ ኮሉ'ቲ ናይ መናፍቓን ነገር ከምዝጠፍኣ ገይረ እሓስብ ነበርኩ፡ እንተኾነ ግና እታ ኣቦታትና 318 ኣብ ኒቅያ ዝኣመንዋ ሃይማኖት፡ ሓሶት ንምጥፋእን ነታ ብጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመንናያ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንምጽናዕን ትበቕዕ እያ።

3 ከምኡ ውን ምእንትዚ ኣብ ገሊላ፡ ኣብ ኣስባንያ፡ ኣብታ ዓባይ ሮማ ዝተጋብኡ ካልኦት ሊቃውንቲ ውን ኮሎም ብሓደ ልቢ ተሰማሚየም ተንሥኡ። ብሓንቲ ሥርዓት ከኣ ነቶም ኮሎም እምነት ኣርዮሳውያን ዝኣምኑን ንኮሎም ሃይማኖቶም ሠዊሮም ዝኣምኑን ኣውገዝዎም። እዞም ዝተወግዙ ውን ካብ ሃገረ መድብሎስ ዝኾነ ክስስጢስ፡ ኣውርስፊስ፡ ኣብላሰን፡ ባንያ ዝተባህለ ጋብስን እዮም።

4 ከምኡ ድማ ኣብ ኮሉ ቦታ ጉባኤ ንኽግበር ጸሓፉ፡ ግና ኣብዛ ሓዋርያት ዝኣኸብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብዘይካ ጉባኤ ኒቅያ ካልኣ ናይ ጉባኤ ስም ኣይጽዋዕን እዩ።

5 እዞም ሊቃውንቲ ውን ናይዞም መናፍቓን ክሕደት የውግዙ፡ ዝያዳ እኳ ነዞም ኣርዮሳውያን የውግዝዎም። ምኽንያቱ ኸኣ ብሰንኮም እዩ ጉባኤ ዝተገብረ።ሕጂ ድማ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፱	ዘአትናቴዎስ ም. 29
ከመ ይሰአሉ ወይትቃወሙ ወአከ በእንተ ምንትኒ አላ እሙንቱ አርዮሳውያን።	ሰባት ክከሪኽሩን ክቃወሙን ብምንታይ ነገር ደፈሩ፡ ምንም ኣይኮነን ንሳቶም ኣርዮሳውያን ብምኻኖም ደኣ እምበር።
፮ ወአከ መንክር እመ ረከብዎሙ ወወደይዎሙ ውስተ ኮነኔ በእንተ መጻሕፍተ ዕልወት እለ ጸሐፉ እስመ ጎሠራን ወሕቁራን እሙንቱ በጎበኔ ወመጠዐውያን የአምሩ ከመ አማልክቲሆሙ ለአሕዛብ ዘወርቅ ወዘብሩር ወእሙንቱ ግብረ እደ እጓለ እመሕያው ። መዝ ፻፲፭፡፬-፰	6 ክሕደት ዘለዎ መጽሓፍ ክጽሕፉ ረኺቦም እንተ ኣውገዝዎም ዘደንቕ ኣይኮነን። ከመይ ንሳቶም ብኣና ዝተጸልኡን ዝተናዕቁን እዮም። እቶም ጣዖት ዘምልኹ ሰባት ውን ናይ ኣሕዛብ ኣማልክቶም ናይ ወርቂ ናይ ብሩር ብኢድ ሰብ ዝተሠርሑ ከም ዝኾኑ ይፈልጡ እዮም። መዝ 115፡4-8።
፯ ወይሔልዩ ከመ ተግሣፀ መስቀል ቅዱስ ዕበድ ውእቱ ወእሙንቱ ይብሉ ንሕነ ነአምን ሠናየ እምነተ ወየኀብኡ ዘመሀሩነ አበዊነ ወይፈቅዱ በተቃውሞ ቶሙ ያማስኑ ዘሠርዑ እልክቱ። ፩ቆሮ ፩፡፲፯-ፍ፪።	7 ጐይታ ኣብ መስቀል ዝተቐበሎ መከራ ዕሸነት ከምዝኾነ ይሓስቡ፡ ንሳቶም ንሕና ዝግባእ እምነት ኢና ንኣምን እዮም ዝብሉ። ነቲ ኣቦታትና 318 ዝመሃሩና ውን ይልውጡ እዮም፡ ብተቓውሞኣም ውን ነቲ 318 ዝሠርዕዎ ኸጥፍኡ ይፈትዉ። 1ይ ቆሮ 1፡17-26።
፰ ወአልቦ ለምግባሮሙ ምክንያት ወኢምንትኒ ዳእሙ ተፈጸመ ላዕሌ ሆሙ ዘይቤ አሌ ለሙቱ ለዘይመክር ላዕለ ቢጹ ምክረ እኩየ ወይፈቅዱ በነገሮሙ ነሢተ ሕንፃ ።ኢሳ ፳፱፡፲፭።	8 ንሥራሐም ውን ምንም ምኽንያት የብሉን፡ ኣብ ልዕሊ ብጻዩ ክፉእ ምኽሪ ዝመክር ወይልኡ! ዝብል ቃል ደኣ ኣብ ልዕሊኦም ተፈጸመ እምበር። ብነገሮም ውን ሕንፃ ሃይማኖት ከፍርሱ ይፈትዉ። ኢሳ 29፡15።
፱ ናሁ ዘንተ ጸሐፍኩ ለከ ሶበ አንበብኩ መጽሐፈከ ሊተ በእንተ አፍቅሮትከ ለእግዚአብሔር ዘኢይደሉ መኑሂ ይጽሐፍ ግሙራ ኢቀዲሙ ወኢይእዜ ከመ ይኩን መጽሐፈ ዝክር ለእለ ሀለዉ ይእዜ አው ለእለ ይመጽኡ እምድኅረዝ።	9 ስለ'ቲ ንእግዚኣብሔር ምፍታውካ ጽሒፍካ ዝሰደድካለይ መጽሓፍ ምስ ኣንበብክዎ ነዚ ጸሓፍኩልካ። ቅድም ካብ ዝነበሩን ሎሚ ካብ ዘለዉን ዝኾነ ኽጽሕፎ ፈጺሙ ዘይክእል፡ እዚ ነዞም ሎሚ ዘለዉ፡ ድኅሪ ሕጂ ውን ንዝትንሥኡ ምእመናን መዘኸርታ መጽሓፍ ንክኸውን እዩ።
፲ መኑ ሰምዐ ዘከመዝ ግሙራ ወመኑ ዘተገሠፀ በዝንቱ አው መኑ ዘተምህረ ቦቱ እንዘ ሕገ እግዚአብሔር ይወጽእ እምጽዮን ወቃለ እግዚአብሔር እምኢየሩሳሌም። ኢሳ ፪፡፩-፬ ።	10 ፈጺሙ ከምዚ ዝበለ ክሕደት መን ሰሚዑ ይፈልጥ፡ ከምዚ ዝተገሠፀን ዝተመኽረንከ መን እዩ፡ ወይሲ ሕጊ እግዚኣብሔር ካብ ጽዮን፡ ቃል እግዚኣብሔር ከኣ ካብ ኢየሩሳሌም ዝተረኽበ ክኸውን ከሎ፡እዚ ክሕደትዚ ዝተማህረ መን እዩ፡ ኢሳ 2፡1-4።
፲፩ መኑ አውረደ እሎንተ እምሰማይ አው አይ ገሠገመ ጐሥያሙ መኑ ዘተናገረ ግሙራ እስመ ሥጋ ዘነሥአ	11 ነዚኣቶምሲ ካብ ሰማይ መን ኣውረዶም፡ ወይሲ ኣየናይ ገሠገም(ጉድጓድ) ተፍኣም፡ ጐይታና ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝለበሶ ሥጋ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፱	ዘአትናቴዎስ ም. 29
እግዚእነ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ሀሎ እምቀዲሙ በዕሪናና ምስለ መለኮተ ቃል ወቦኑ ተወለጠ ቃል እም ህላዌሁ ወኮነ ሥጋ ወዐፅመ ወፀጕረ።	ምስ ባህርየ ቃል ብምትኽኻል ብቅድምና ከም ዝነበረ ከቶ ዝተዛረበ መን እዩ፡ ወይሲ እቲ ቃል ካብ ባህርዩ ተለዊጡ ሥጋ ዓፅሚ ጸጉሪዶ ኮይኑ እዩ፡
፲፪ መኑ ዘሰምዐ እምክርስቲያን ከመ እግዚእነ ኢለብሰ ሥጋ ሰብእ ዘበአማን አው መኑ ዘሐለየ ዘከመዝ ግሙራ አው መኑ ዘኮነ መናፍቀ ወዐማፂ ዘከመ እሉ ዕደው እስከ መጠነዝ ከመ ይንብብ አው ከመ የሐሊ ታሕፃጸ ለፍጻሜ መለኮተ ቃል ዘዕሩይ ምስለ አብ ከመ ዘኢኮነ ፍጹመ።	12 ጐይታና ሓቂ ሥጋ ሰብ ከምዘይተዋሓደ ካብ ወገን ክርስቲያን ዝሰምዐ መን እዩ፡ ወይሲ ፈጺሙ ከምዚ ኢሉ ዝሓሰበ ኸ መን እዩ፡ ከምዙም ሰባትሲ ዓማፅን ተጠራጣርን ዝኾነ መን እዩ፡ ክሳዕ እዚ በጺሑ ፍጹም ከምዘይኮነ ገይሩ፡ ኣብቲ ምስ አብ ሓደ ዝኾነ ኣብ ፍጹምነት ባህርየ ቃል ጕድለት ከምዘሎ ኣምሲሉ ዝዛረብ ወይ ዝሓሰብ ተጠራጣሪ ዝኾነ መን እዩ፡
፲፫ ወይቤሉ እስመ ዘተቀነወ ዲበ ዕፀ መስቀል አኮ ውእቱ ሥጋ አላ ውእቱ መለኮት ገባሬ ኵሉ ጥበባት።	13 ኣብ መስቀል ዝተሸንከረን ንኵሎም ፍጡራት ዝፈጠረን መለኮት እዩምበር ሥጋ ኣይኮነን ይብሉ።
፲፬ መኑ ዘሰምዐ እስመ ቃል ኢተሠገወ እምእግዝእትነ ማርያም ድንግል ወዳእሙ ተወለጠ እምህላዌ መለኮቱ ወረሰዮ ሥጋ ሐማሚ በህላዌሁ ቦኑ እምክርስቲያን ዘይነብብ ዘንተ ንባበ ተሐቢሎ ዘከመዝ ንለቡ።	14 ካብ ባህርየ መለኮቱ ከምዝተለወጠ፡ ሥጋ ውን ብባህርዩ ዝሓምም ከምዝገበሮ፡ ቃል ካ እመቤትና ድንግል ማርያም ሥጋ ከምዘይተዋሓደ ዝሰምዐ መን እዩ፡ ካብ ወገን ክርስቲያን ከምዚ ኢሉ ደፊሩ ነዚ ነገር'ዚ ዝተዛረበዶ ኣሎ እዩ፡ ነስተውዕል።
፲፭ ንሕነሰ ኢንኤልቆ ምስለ ክርስቲያን አላ ምስለ አረሚ ወዐላውያን መኑ ዘቦ ልብ ወአእምሮ ወተወክፈ ዘንተ ዕልወተ ውስተ ልቡ እንዘ ይብል እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ አኮ እምእግዝእትነ ማርያም ወኢየአምን ይእዜ በሥላሴሁ ለእግዚአብሔር ከመ ውእቱ ፫ቱ አላ ፬ቱ ።	15 ንሕና ግና ምስ ኣረሚን ምስ ዐላውያንን እምበር ምስ ክርስቲያን ኣይንቈጽሮን ኢና። ጐይታና ነቲ ልቢ ፍልጠት ዘለዎ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ እመቤትና ማርያም ዝተረኽበ ኣይኮነን ብምባል፡ ኣርባዕተ እምበር ሠለስተ ከምዝኾነ ብሠለስትነት እግዚኣብሔር ዘይኣምን ሎሚ መን እዩ፡
፲፮ ወበዝንቱ ሃይማኖት ርኵስት ይብል በእንተ ሥጋ ዘነሥአ እግዚእነ ወመድኃኒነ እምእግዝእትነ ማርያም ከመ ውእቱ እምህላዌ መለኮተ ሥላሴ።	16 በዚ ዝተጸልአን ዝተነቐፈን ሃይማኖት ኸኣ ጐይታናን መድኃኒናን ካብ እመቤትና ቅድስት ማርያም ብዛዕባ ዝለበሶ ሥጋ ካብቲ ገዛኢ ሥላሴ ካብ ባህሪኡም ዝተረኽበ ከምዝኾነ ይናገር።
፲፯ በአይቴ ረከቡ እሉ ዘንተ ዕልወተ ከመ ይበሉ እስመ ሥጋሁ ለቃል ኢኮነ ሐዲሰ ወኢእምድኅረ መለኮቱ ወዳእሙ ይቤሉ እስመ ውእቱ ህልው	17 ናይ ቃል ሥጋ ደኃራዊ ከምዘይኮነ፡ ድኅሪ መለኮት ውን ዝተረኽበ ከምዘይኮነ ንኽዛረቡ፡ እዚኣቶም ነዚ ክሕደት'ዚ ኣበይ ረኸብዎ፡ ካብ ባህርይ አብ ተረኺቡ

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፱	ዘአትናቴዎስ ም. 29
እምቀዲሙ ብሉየ መዋዕል እመለኩተ አብ።	ብቅድምና ዝነበረ ቀዳማዊ ከምዝኾነ ኾኣ ይዛረቡ።
፲፯ እፎኑ ተሀበሉ እሉ ዘፀቱ አልባቢሆሙ ይሰመዩ ክርስቲያነ እንዘ ይነብቡ ዘንተ ንባበ በእንተ እግዚእ ዘአስተርአየ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እንዘ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በህላዌሁ ወበመለኩቱ።	18 ጐይታ፡ ብኣካሉ ብባህሪኡ ወዲ እግዚኣብሔር ከሎ፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥጋ ስለ ምግላጹ፡ ነዚ ነገር'ዚ እናተዛረቡ ክልተ ዝልቦም እዚኣቶም ክርስቲያን ክበሃሉስ ከመይ ኢሎም ደፈሩ፡
፲፱ ወሥጋሁሰ እምዘርአ ዳዊት ውእቱ ወዘንቱ ሥጋ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ቅዱስ ውእቱ ዘበአማን።	19 እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ እኳ ካብ ባህርይ ዳዊት ዝተረኽበ እዩ። ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝለበሶ ሥጋ ሓቀኛ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ።
፳ ወካዕበ እለ መኑ እሙንቱ ተሀበሉ ይበሉ እስመ ክርስቶስ ዘሐመ በሥጋ ሰብእ ወተሰቅለ አኮ ውእቱ እግዚአ ብሔር ቃል ወኢወልደ እግዚአብሔር ወኢእግዚእ ወኢመድኀን።	20 ከምኡ ውን ብሥጋ ዝሓመመ ዝተሰቐለ ክርስቶስ ቃል እግዚኣብሔር ከምዘይኮነ፡ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ ናይ ባህርይ ገዛኢ ዘድኀን ከምዘይኮነ ንኽዛረቡ ዝደፈሩ በዓል መን እዮም፡
፳፩ ወበአይ ግብር ይፈቅዱ ይሰመዩ ክርስቲያነ እሉ እለ ይብሉ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ኀደረ ላዕለ ብእሲ ቅዱስ ከመ ፩ዱ እምነቢያት ወአኮ ውእቱ ሥግው እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ዘኮነ ሰብአ።	21 ቃል እግዚኣብሔር እቲ ከም ሓደ ቅዱስ ሰብ ካብ ነቢያት ከምዝኾደረ፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ከምዘይኮነ ዝናገሩ እዚኣቶም ብከመይ ዝበለ ሥራሕ ክርስቲያን ክበሃሉ ይፈትዉ፡
፳፪ ወባሕቱ ይቤሉ ካልኣ ውእቱ ክርስቶስ ወወልድ ወካልኣ ወልደ እግዚአብሔር ዘውእቱ እምቅድመ ማርያም ወዘሂ እምቅድመ ዓለም ውእቱ ዝኩቱ ወልደአብ።	22 ክርስቶስ ካልእ እዩ፡ ወልድ ውን ካልእ እዩ፡ ወልደ እግዚኣብሔር ካልእ እዩ። ቅድሚ ማርያም ዝነበረ፡ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ንሱ ወዲ አብ እዩ ይብሉ ኾኣ እምበር።
፳፫ ወበአይ አምሳል ይከውኑ ክርስቲያነ እሉ እለ ይቤሉ እስመ ወልድ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ኢኮነ ቃለ እግዚአብሔር።	23 ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ወልድ ቃል እግዚኣብሔር ኣይኮነን ዝብሉ እዚኣቶም ብምንታይ ሥራሕ ብምንታይ ነገር ከ ክርስቲያን ይበሃሉ፡
፳፬ ወዘንተ ረከብነ ውስተ ትምህርተ ዐላውያን እለ ኢየኀብሩ በበይናቲሆሙ ወለኮሉሙ ፩ዱ ንባቦሙ በክሕደት ዘያጸንን ኀበ ርስዓት ወበእንተ ዝንቱ ይጻልኡ በበይናቲሆሙ ወይትቃወሙ	24 ኣብ ትምህርቲ መናፍቓን ነንሓድሕዶም ሓደ ዘይኮኑ፡ ነዚ ረኸብና። ናብ ዝንጋዔ ዘብጽሕ ኮሉ ነገሮም ውን ክሕደት ንምባል ሓደ እዩ። ሓደ ስለዘይኮኑ ከኣ ነሓድሕዶም ይጻልኡን ይከራኸሩን፡

ዘአትናቴዎስ ም. ፳፱ ፥ ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 29፥ 30
ወይትሜክሑ ላዕለ ነገረ ትምህርቶሙ ለአበዊነ እለ ተጋብኡ በኒቅያ።	ብትምህርቲ ናይቶም ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ ኣቦታትና ውን ይምክሑ።
፳፭ አንሰ አነክር ምስለ መልእክትከ መለኮታዊ እፎኑ ትትዌከፎሙ ለእሉ ወለምንት ኢታወግዞሙ ለእለ ይብሉ ዘንተ ወለምንት ኢሐገገ ሎሙ ሃይማኖተ ርትዕተ ከመ ሶበ ይሰምዕዋ ያርምሙ።	25 ኣብቲ ኣምላኽ ዘጽሓፎ መልእኽትኻ ዘሎ ተመልኪተ እግረም ኣለኹ፡ ነዚኣቶም ከመይ ገርካ ትቐበሎም፡ ነዚ ክሕደትዚ ንዝቕበሉ ንምንታይ ዘየውገዝካዮም፡ ምስ ሰምዕዎ ስቕ ምእንቲ ክብሉ ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትሲ ንምንታይ ዘይወሰንካሎም፡
፳፮ ወለእመኒ ነበቡ ይትኄለቁ ምስለ ዐላውያን እስመ ዘነበቡ እሉ ኢተሰምዐ ግሙራ ክርስቲያናዊ ነባቢ ከማሁ።	26 እንተ ተዛረቡ ውን ምስ ኣረማውያን ንክቀጽሩ። ኑቲ ንሳቶም ዝተዛረብዎ ዝዛረብ ክርስቲያን ከምዘሎ ፈጺሙ ኣይተሰምዐን።
፳፯ ወእሉሰ በከሉ አምሳል ነኪራን ወፍሉጣን እምሃይማኖተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወእምነ ትምህርታቲሃ ወበእንተ ዝንቱ ጸሐፍኩ ለከ ዘነበቡ ውስተ ዛቲ መልእክት ክሡተ ከመ ኮሉ ዘይሰምዕ ዘንተ ያአምር ኃፍረቶሙ ወርስዓ ቶሙ።	27 እዚኣቶምሲ ብኮሉ ሥራሖም፡ ካብታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ካብዛ ዝኸበረት ምእመን ሃይማኖትን ካብ ትምህርታን ፈጺሞም ዝተፈልዩ እዮም። በዚ ኸኣ ዝሰምዕ ኮሉ ሰብ ነዚ ዘጎፍር ክሕደቶምን ዝንጋዔኦምን ምእንቲ ኽፈልጥ ኑቲ ዝተዛረብዎ በዛ መልእኽቲ እዚኣ ገሊጸ ጸሓፍኩልካ ።
፳፰ ወለከሂ ይደልወከ ከመ ታስተኃፍሮሙ ጥቀ ወትገሥጾ ሐሣሮ ለዘይትአመን ዘንተ በቃል ስፋሕ ወዓዲ ፈቀድኩ አብጽሕ ተፍጻሜተ መልእክትየ በዝየ ወኢያብዝኅ ንባበ።	28 ንሶኻ ውን ፈጺምካ ኩተጎፍሮምን፡ ናብ ኮሉ ብዝበጽሕ ቃል ውን ኑቲ ዝኣምን ክሕደቱ ኩተርጎቕሉን ይግባኣካ። ከምኡ ውን ናይ መልእኽተይ መዛዘሚ በዚ ኽገብርን ነገር ከየብዝኅን ፈተኹ።
፳፱ ወእምዝ ርኢኩ ከመ ሙስና ወስሕተት ጥቀ ውእቱ ወይደልወነ ንትቃወሞሙ ወንሕትት በእንቲአሆሙ ከመ ኢየኀልዩ ተቃራንያን እስመ ንሕነሂ በፀኤ ልብ በእንቲአሆሙ ዳእሙ ናርምም እምነ አውሥኦቶሙ እንከሰ።	29 ብድኅርዚ ኣእምሮ ምስኣንን ክሕደትን ብፍጹም ከምዝበዝኀ ፈለጥኩ፡ ብዛዕባኦም ክንምርምርን ክንቃወምን ይግብኣና። እምበኣር እቶም ተቓወምቲ ንሕና ውን ምእንትኦም ብክልተ ልቢ ከምዘሎና ምእንቲ ከይሓስቡ፡ ንኣታቶም መልሲ ካብ ምሃብ ስቕ ንበል።
፴ እስመ ዝንቱ ንባብ ኢኮነ ዘቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወኢአምኑ ቦቱ አበዊነ።	30 ምኽንያቱ እዚ ዘረባዚ ናይታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኣይኮነን፡ ኣቦታትና ውን ብእኡ ኣይኣመኑን።
❖ ❖ ❖	
ምዕራፍ ፴	**ምዕራፍ 30**
፩ ወከመ ኢየሐልዩ መፍቀርያነ እከይ በድፍረተ አልባቢሆሙ ይርከቡ	1 እዞም መፍቀርያነ ክሕደት እዚኣቶም፡ ንእኡም ካብ ምውጋዝ ስቕ ስለዝበልና፡ ብድፍረት ልቦም ምኽንያት ዝረኸቡ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
ምክንያተ በእንተ አርምሞትነ እምኔሆሙ ንዘከር ጎዳጠ ይእዜ እምዘሀለሙ ውስተ መጻሕፍት ቅዱሳት ወእመሂ ይሌብውዎ ወይጐይዩ እምሕሊና ርኩስ። ፪ቆሮ ፲፩፡፲፪።	ምእንቲ ከይመስሎም ሕጂውን ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ዘሎ ኣምጺእና ጎደት ንዛረብ። ምናልባት ፈሊጦም ካብቲ ንቁፍ ሓሳቦም እንተ ተመልሱ እዩ። 2ይ ቆሮ 11፡12።
፪ ወለሊክሙሂ አውሥኡኒ እስኩ እምአይቴ ረከብክሙ ዘንተ አምሳለ ከመ ትበሉ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሀሎ እምትካት ወዕ ሩይ ውእቱ በብሉየ መዋዕልና ምስለ ህላዌ መለኮቱ ለቃል።	2 እስከ ንሸኻትኩም ንገሩኒ፡ እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝለበሶ ሥጋ ብቅድምና ከምዝነበረ፡ ብቅድምና ብምንባር ውን ምስ ናይ ቃል ባህርየ መለኮቱ ማዕረ ከምዝኾነ ንክትዛረቡ ነዚ ነገር'ዚ ካበይ ረኸብክምዎ፡
፫ ወለነሂ ይደልወነ ንዜኑክሙ ወናጠይቅሙ እስመ ዝንቱ ትምህርት ሙሱን ወስላቅ ውእቱ ወዓዲመ ናየድ አክሙ ተረፈ ጎሣረ ዕልወትክሙ።	3 ነኣና ውን እዚ ትምህርቲ እዚ ክፉእ ጥፉእ ዋዛ ፈዛዛ ከምዝኾነ ክንነግረኩምን ከነረድኣኩምን ይግብኣና እዩ። ከምኡ ድማ ናይ ክሕደትኩም ጥፍኣትን ውድቀትን ንነግረኩም ኣሎና።
፬ ኢሰማዕክሙኑ ዘይቤ መጽሐፍ ከመ ቃለ እግዚአብሔር ሥጋ ኮነ ለቢሶ ሥጋ ወአበዊነ ቅዱሳን ኢይቤሉ ሶበ ተጋብኡ በኂቅያ በእንተ ሥጋ በብሉየ መዋዕልና ምስለ አብ በመለኮት። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	4 ቃል እግዚኣብሔር ሥጋ ተዋሓደ፡ ሰብ ኮነ ክብል መጽሓፍ ዝተዛረቦ ኣይሰማዕኩምን ዲኹም፡ እቶም ቅዱሳን ኣቦታትና ውን ኣብ ኒቅያ ኣብ ዝተጋብኡሉ ጊዜ ሥጋ ምስ አብ ብቅድምና ብጐይትነት ከምዝነበረ ኣይተዛረቡን። ዮሓ 1፡1-14።
፭ አላ ይቤሉ ነአምን በአሐዱ አምላክ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘሀሎ ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእምአምላክ ዘበአማን ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ ኅቡር ህላዌሁ ምስለ አቡሁ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።	5 ዓለም ከይተፈጥረ ምስ አብ ብዝነበረ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ናይ ባህርይ ወዲ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ፡ ምስ ኣቦኡ ብባህርይ ሓደ ዝኾነ ኵሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ኵሉ'ቲ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ብዘይ ናቱ ቃልነት ምንም ዝተፈጥረ ዘየልቦ፡ ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን ኢና ደኣ በሉ እምበር።
፮ ይቤሉ ዘንተ በእንተ ኅብረተ ህላዌ ወልድ ምስለ አቡሁ ወሥጋሁሰ ለእግዚእ ግቡር ውእቱ እስመ ለሊሁ ገብሮ ለርእሱ።	6 ባህርየ ወልድ ምስ ኣቦኡ ሓደ ከምዝኾነ ተዛረቡ፡ እቲ ጐይታና ዝለበሶ ሥጋ ግና ዝተፈጥረ እዩ፡ ከመይ ንሱ ክዋሓዶ እዩ ፈጢርዎ።
፯ ወኪያሁ ለቢሶ ቃለ እግዚአብሔር ሥጋ ኮነ እንዘ ኢይትዌለጥ እምህላዌ መለኮቱ ወለውእቱሂ ሥጋ ዘለብሶ	7 ቃል እግዚኣብሔር ካብ ባህርየ መለኮቱ ከይተለወጠ ንእኡ ተዋሒዱ ሰብ ኮነ፡ ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ካብ ባህርየ ሰብነቱ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
ረሰዮ ዕሩየ ምስሌሁ በ፩ዱ ህላዌ እንዘ ኢይትዌለጥ እምህላዌ ሰብእናሁ።	ከይተለወጠ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ምስኡ ሓደ ገበሮ።
፰ ወበእንተ ሥጋሁሰ አትለዉ ወይቤሉ ዝንቱ ወልደ አብ ዋሕድ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም ዘኢተገብረ ኅቡር ህላዌሁ ምስለ አቡሁ በመለኮቱ ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል።	8 ካብዚ ኣስዒቦም ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ክገልጹ ከለዉ፡- ዘይተፈጥረ፡ ዓለም ከይተፈጥረት ምስኡ ዝነበረ ምስ ኣቦኡ ህልው ኮይኑ ሓደ ዝኾነ፡ እዚ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልደ አብ ምእንታና ንምድኃንና ካብ ሰማይ ወረደ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ በሉ።
፱ ለብዉ ኦ አብዳን ሰሚዐክሙ ቃለ መጻሕፍት ወእመኑ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ እማርያም እምቅድስት ድንግል ውእቱ ወኢኮ እምካልእ።	9 ኣቱም ዓያሹ! ቃል መጻሕፍቲ ሰሚዕኩም ፍለጡ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ከምዝኾነ ካብ ካልእ ከምዘይኮነ እመኑ ።
፲ ቦኑ ትትከሐዱ ማኅበረ ኂቅያ ወታግህዱ ዘንተ ትምህርተ ዕልወትክሙ።	10 ብሓቂዶ ምስቶም ኣብ ኂቅያ ዝተጋብኡ ሊቃውንቲ ትከራኸሩ ኣሎኹም፡ በዚስ ትምህርቲ ክሕደትኩም ትገልጹ ኣለኹም።
፲፩ እመሰ ትፈቅዱ ትኩኑ ውሉዶሙ ለአበዊነ ቅዱሳን ኢትእመኑ ምንተኒ ዘእንበለ በዘጸሐፉ እሙንቱ ወብክሙ ክሂል ከመ ታእምሩ ሕሊናክሙ እኩየ በእንተ ዝንቱ ነገር።	11 ደቂ ቅዱሳን ኣቦታትና ክትኾኑ እንተ ደኣ ፈቲኹምሲ፡ ንሳቶም ዝጸሓፍዎ ደኣ እምበር ዝኾነ ካልእ ኣይትእመኑ፡ በዚ ነገርዚ ውን እቲ ክፉእ ሓሳብኩም ኽትፈልጡ ክእለት ኣሎኩም።
፲፪ እመሰኬ ይትዔረይ ህላዌሁ ለቃል እምቅድመ ትስብእቱ ምስለ ሥጋ ዘህላዌሁ እምድር ወቃልሂ ዘከመ እምነተ አበዊነ ዕሩይ ውእቱ ምስለ አብ ወህላዌ አብሂ ዘአልቦቱ ጥንት እምኮነ ዕሩየ ምስለ ሥጋ ምድራዊ።	12 ባህርየ ቃል ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ምስቲ ካብ ምድሪ ዝተረኽበ ሥጋ ሓደ እንተዝኸውን፡ ከምቲ እምነት ኣቦታትና ድማ ቃል ምስ አብ ሓደ ካብ ኮነ፡ በዚ እቲ ጥንቲ ዘይብሉ ባህርየ አብ ምስቲ ካብ ምድሪ ዝተረኽበ ሥጋ ሓደ ምኾነ ነይሩ።
፲፫ በምንትኑ ትኄይሱ እምነ አርዮሳውያን ዘይሬስይዎ ለወልደ እግዚአብሔር ፍጡረ ወዘከመ ሕሊናክሙ እኩይ ትሬስይዎ ለአብ ዕሩየ ምስለ ፍጡራን።	13 ንወልደ እግዚኣብሔር ፍጡር ካብ ዝብልዎ ኣርዮሳውያን ደኣ ብምንታይ ትሕሹ፡ ከምቲ ክፉእ ሓሳብኩም ውን ንኣብ ምስ ፍጡራን ሓደ ትገብርዎ ኣለኹም።
፲፬ ወካዕበ ትትመየጡ ኀበ ካልእ ርስዐት ወትብሉ እስመ ህላዌሁ ለቃል ተመይጠ ለከዊነ አዕፅምት ወሥጋ ወአምትንት አሥራው ወፀጕር	14 ዳግማይ ናብ ካልእ ክሕደት ተመሊስኩም፡ ናይ ቃል ባህርይ ናብ ኣዕፅምቲ ሥጋ ጅማት ሙር ፀጕሪ ምኻን ከምዝተለወጠ ትዛረቡ ኣለኹም። ንሕና ግና ናይ ኣዕፅምቲ ምርካቡ ካብ ምድሪ ከምዝኾነ፡ ኮሉ ሥጋ ውን ካብ ምድሪ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
ወንሕነሰ ንብል ገሃደ እስመ ህላዌሁ ለአዕፅምት እምነ ምድር ውእቱ ወሥጋሂ ኮለንታሁ እምድር ውእቱ።ዘፍ ፪፡፯። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፭-፵፯።	ከምዝተረክበ ገሊጽና ንዛረብ ኣሎና። ዘፍጥ 2፡7። 1ይ ቆሮ 15፡45-47 ።
፲፭ አይኑ ዕበድ የዐቢ እምዕበድክሙ ወኮንክሙ ተቃራንያነ በበይናቲክሙ በአስተአርዮትክሙ ህላዌ ሥጋ ምድራዊ ዘቦቱ ጥንት ምስለ ህላዌ ቃለ እግዚአብሔር ዘአልቦቱ ጥንት ወትሰብኩ በዕበድክሙ ህልወተ ሥጋ እምትካት አስተዋሒደክሙ ምስለ ህላዌሁ ለቃለ እግዚአብሔር።	15 ካብ ዕሽነትኩም ዝኸፍእ ድንቁርና እንታይ ኣሎ፡ ጥንቲ ዘለዎ ካብ ምድሪ ዝተረክበ ባህርየ ሥጋ ምስቲ ጥንቲ ዘይብሉ ባህርየ ቃል እግዚኣብሔር ማዕረ ብምግባርኩም ነንሓድሕድኩም እትጻልኡ ኮንኩም። በቲ ዕሽነትኩም ውን ናይ ሥጋ ብቅድምና ምንባር ምስ ባህርየ ቃል እግዚኣብሔር ሓደ ጌርኩም ትምህሩ ኣሎኹም።
፲፮ ወሶበሂ ትብሉ እስመ ቃል ተመይጠ ለከዊነ ሥጋ ናሁ ተኣመንክሙ ከመ ቃል ተወለጠ ይመስለክሙኑ ግብርክሙ ርቱዐ ሶበ ትብሉ ዘንተ አላ አጽነንክሙ ኀበ ርስዐት ፈድፋደ እምነ ዐላውያን ።	16 ቃል፡ ናብ ሥጋ ምኻን ተለወጠ ካብ በልኩም እንሆ ቃል ከምዝተለወጠ ኣሚንኩም ኣሎኹም። ነዚ ምስ በልኩም ኩም ዘረባኹም ቅኑዕዶ ይመስለኩም፡ ካብቶም ዓላውያን ንላዕሊ ደኣ ናብ ክሕደት ዘንበልኩም እምበር።
፲፯ እመሰ ይትዔረይ ህልዎተ ሥጋ እምትካት ምስለ ህላዌ መለኮቱ ለቃል እምደለወ ዝክራ ለማርያም እምቀዲሙ ዘከመ ህልዎተ ቃል።	17 ናይ ሥጋ ብቅድምና ምንባር ምስ ናይ ቃል ባህርየ መለኮቱ ሓደ ካብ ኮነ፡ ቃል ብቅድምና ነበረ ምእንቲ ክበሃል ንማርያም ብቕድምና ነበረት ክብልዋ ይግባእ ነይሩ።
፲፰ ሶበሰ ህሎ ሥጋ እምትካት ብዕሪና ምስለ ህላዌሁ ለቃል እምኢያጽሐቀ ይምጻእ ዝየ ከመ ይልበስ ህላዌሁ ዘዕሩይ ምስሌሁ እምትካት አው ይትመየጥኑ እምህላዌሁ ከመ ይኩን ሥጋ አኮኑ ህላዌሁ ልዑል ወክቡር እምትካት ለምንትኑ ለብሰ ዘዕሩይ ምስለ ህላዌሁ።	18 ሥጋ ምስ ባህርየ ቃል ብቅድምና ብሓድነት ነይሩ እንተ ዝኸውንሲ፡ ቅድምና ብምንባር ምስኡ ሓደ ዝኾነ ባህርዩ ንክዋሓድ ናብኡ ኃኸመጽእ ኣይመትግሆን ነይሩ። ወይ ካብ ባህርዩ ተለዊጡ ሥጋ ንክኸውን ድዩ፡ ናይ ቃል ባህርዩ ደኣ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ልዑል ክቡር እንድዩ፡ከመይ ኢሉ ደኣ ምስቲ ባህሪኡ ሓደ ዝኾነ ተዋሓደ፡
፲፱ ወባሕቱ ቃል ዘአልቦቱ ኃጢአት መድኃኒሆሙ ለኃጥአን ኢተወለጠ እምህላዌሁ ዘትካት ለከዊነ ሥጋ ወኢመጽአ ከመ ይኩን መሥዋዕተ በእንተ ርእሱ ወከመ ያድኅን ርእሶ ባሕቲቱ ሐሰ ወኢኮነ ከመዝ ወኢይደሉ ይኩን ዝንቱ ። ፩ጢሞ ፩፡፲፭	19 ግና ንኃጥኣን ዘድኅኖም በደል ዘይብሉ ቃል ካብቲ ቀዳማይ ባህሪኡ ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን፡ ርእሱ ንምድኃን ምእንቲ ርእሱ መሥዋዕት ንምኻን ኣይመጸን፡ ሓሶት ፍጹም ከምኡ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ። 1ይ ጢሞ 1፡15።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
፳ አላ ዘርአ አብርሃም አልዐለ ወተወክፈ በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ ወበእንተዝ ርቱዕ ይትመሰሎሙ ለአኃዊሁ ወይንሣእ ሥጋ ዘይትማሰ ሎሙ ። ዕብ ፪፡፲፩-፲፰ ።	20 ባህርየ ኣብርሃም ፈትዩ ተዋሓደ ደኣ እምበር።ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝበሎ ምእንቲዚ ከኣ ንኣኀዋቱ ምእንቲ ኽመስሎም ሥጋ ውን ንክዋሓድ ይግባእ እዩ። ዕብ 2፡11-18።
፳፩ ወከመዝ መሀሩነ አበዊነ ከመ ነሥአ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወአዕረጎ መሥዋዕተ በእንቲአነ በከመ ዜነወነ ኢሳይያስ ነቢይ ወይቤ ክሡተ በእንተ እግዝእትነ ማርያም እንዘ ይብል ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወትሰምዮ ስሞ አማኑኤል።ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፩÷፳፪-፳፭ ።	21 ቃል እግዚኣብሔር ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ከምዝተዋሓደ፡ ምእንታትና ውን መሥዋዕት ጌሩ ከምዘቐረቦ፡ ኣቦታትና ከምዚ ኢሎም መሃሩና። ብዛዕባ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ነቢይ ኢሳይያስ ገሊጹ ከምዝነገረና እንሆ ድንግል ክትፀንስ እያ ወዲ ውን ክትወልድ እያ ስሙውን ኣማኑኤል ክትብሎ እያ በለ። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡22-24።
፳፪ ወኢይቤ ሉቃስ ከመ ገብርኤልሂ መልአክ ተፈነወ ኀበ ድንግል ባሕቲታ አላ ይቤ ኀበ ድንግል እንተ ተፍኅረት ለብእሲ ዘስሙ ዮሴፍ ከመ በብሂሎቱ ፍኅርተ ብእሲ ያግህድ ከመ እግዝእትነ ማርያም ዘበአማን ብእሲት ይእቲ። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፬። ገላ ፬፡፬ ።	22 ሉቃስ ውን ገብርኤል መልኣኽ ናብ ድንግል ጥራይ ከምዝተላእከ ኣይተዛረበን፡ ናብ ስሙ ዮሴፍ ዝበሃል ሰብኣይ ዝተሓዕ -የት ድንግል ደኣ በለ እምበር። ንሰብኣይ ዝተሓጽየት ምባሉ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብሓቂ ሰበይቲ ከምዝኾነት ኀኸረድእ እዩ ። ሉቃ 1፡26-39። ገላ 4፡4።
፳፫ ወዓዲ ዜነወነ መጽሐፍ ቅዱስ ከመ ይእቲ ወለደት ወልደ ወጠብለለቶ በአጽርቅት ወተበጽዐ አጥባቲሃ ለድንግል እንተ ሐፀነቶ ቦቶን ። ሉቃ ፪፡፩-፲፱። ፲፩፡፳፯-፳፰ ።	23 ከምኡ ውን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንሳ ወዲ ከምዝወለደትን ብኣጭርቅቲ ከም ዝጠቐለ ለቶን ነገረና። ንእኡ ኣጥብየን ዘዕበያ ኣጥባት ድንግል ውን ተመስገና። ሉቃ 2፡1-19። 11፡27-28።
፳፬ ወዓዲ አብኡ መሥዋዕተ በእንቲአሁ ከመ ይትፈጸም ዘጽሑፍ በውስተ ሕግ ወዝንቱ ያጤይቅ ወሊዶታ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም። ዘሌዋ ፲፪፡፩-፰። ሉቃ ፪፡፳፫-፴፭ ።	24 ከምኡ ውን ኣብ ኦሪት ዝተጻሕፈ ንኽፍጸም ምእንታኡ መሥዋዕቲ ኣቐረቡ፡ እዚ ኸኣ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብድንግልና ምውላዳ የረድእ። ዘሌዋ 12፡1-8። ሉቃ 2፡23-35።
፳፭ ወገብርኤልሂ መልአክ አብሠራ ክሡተ እንዘ ይብል ከመዝ እስመ ዘይትወለድ እምኔኪ ቅዱስ ውእቱ ዘንተ ዘይቤ ከመ ኢየሐልዩ አብዳን እስመ ሥጋ ዘመጽአ አፍኣ ውእቱ እምኔሃ ወቦአ ውስቴታ አላ ነአምን ርቱዐ እስመ ዘተወልደ እምኔሃ	25 ገብርኤል መልኣኽ ውን እቲ ካቐኪ ዝውለድ ክቡር ኣምላኽ እዩ ብምባል ብግልጺ ነገራ። ከምዚ ዝበለ እቶም ኣእምሮ ዘይብሎም ሰባት እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብኣ ዘይተረኽበ ኮይኑ ደኃር ኣብኣ ዝኃደረ ጌሮም ምእንቲ ከይሓስቡ እዩ። እቲ ካብኣ ዝተወልደ ካብ ባህሪኣ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
እምህላዌ ሥጋሃ ተወልደ። ሉቃ ፩፡፴፭ ።	ከምዝተረክበ ብሓቂ ንኣምን።ሉቃ 1፡35።
፳፮ ወሥርዓተ ህላዌሂ ያጤይቀነ ክሡተ የዐጽብ ንቅዓተ ሐሊብ እምሥጋ ድንግል እንተ ኢወለደት ወዓዲ የዐጽብ ልሕቀተ ሥጋ በሐሊብ ውተጠብልሎ በአጽርቅት እንዘ ኢይትወለድ።	26 ሥርዓተ ባህርይ ውን ገሊጹ የረድኣና፡ ካብ ዘይወለደት ካብ ኣካል ድንግል ፀባ ምርካብ የሸግር እዩ። ከምኡ ውን ከይተወልደ እቲ ሥጋ ብፀባ ዓበየ ብኣጭርቐቲ ተጠቕለለ ምባል የሸግር እዩ።
፳፯ ዝንቱ ውእቱ ዘተገዝረ አመ ሳምንት ዕለት ዝንቱ ውእቱ ዘያሮ ስምዖን ካህን ዲበ መዝራዕቱ ዝንቱ ውእቱ ዘኮነ ሕፃነ ንኡሰ ወልሕቀ ከመ ሕፃን በበሕቅ እስከ ተፈጸመ ሎቱ ዕሠርቱ ወክልኤቱ ዓመት ወእምዝ በጽሐ እስከ ፴ወ፫ቱ ዓመት። ሉቃ ፪፡፳፩-፶፪። ፫፡፳፫ ። ፲፫፡፴፩-፴፬ ።	27 ብሻሙናይ መዓልቲ ዝተገዝረ እዚ እዩ።ካህን ስምዖን ኣብ ሕቑፉ ዝገበሮ እዚ እዩ። ንእሽቶ ሕፃን ዝኾነ፡ 12ዓመት ክሳዕ ዝፍጸመሉ ከም ሕፃን በብንእሽቶ ዝዓብየ ንሱ እዩ። ካብኡ ውን ክሳዕ 33 ዓመት በጽሐ። ሉቃ 2፡20-52። 3፡23። 13፡31-34።
፳፰ ወኢተወለጠ ቃል እምህላዌ መለኮት እምዘሀለወ ቦቱ ወኢተዐተተ እምኔሁ በከመ ሐለዩ አብዳን ሰብእ እስመ ኢተወለጠ ወኢተቆስሐ።	28 ቃል ካብቲ ዝነበሮ ካብ ባህርየ መለኮት ኣይተለወጠን፡ ዓያሹ ሰባት ከምዝብልዎ ካብኡ ኣይተፈልየን ኣይተሓዋወሰን።
፳፱ ወውእቱሂ ወልድ ይቤ በልሳነ ፭ዱ እምነቢያት ነጽሩ ከመ አነ ውእቱ አምላክ ዘኢይትዌለጥ ወጳውሎስሂ ሐዋርያ ጸሐፈ እንዘ ይብል ከመዝ እስመ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘትማልም ወዮም ወክመ ውእቱ እስከ ለዓለመ ዓለም። መዝ ፺(፹፱)፡፩-፪። ፺፫(፺፪)፡፪ ። ሚክ ፫፡፫-፮። ዕብ ፲፫፡፰ ።	29 ንሱ ወልድ፡ ኣብ ሓደ ካብ ነቢያት ኃዲሩ ዘይልወጥ ኣምላኽ ኣነ ከምዝኾነኩ ፍለጡ በለ። ሓዋርያ ጳውሎስ ውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ቀደም ዝነበረ ሎሚ ዘሎን ክሳዕ ዘለዓለም ውን ዝነብር እዩ። መዝ 90(89)፡1-2። 93(92)፡2። ሚክ 3፡3-6። ዕብ 13፡8።
፴ ወባሕቱ እስመ ሥጋ ዘጠብለልዎ በአጽርቅት ወገዝርዎ በልዐ ወሰትየ ወደክመ በሐዊረ ፍኖት ወተቀነወ ዲበ ዕፀ መስቀል ቃለ እግዚአብሔር ተዋሐዶ ምስሌሁ እንዘ ኢይቀርበ ኵሉ ሕማማት።	30 ግና እቲ ብኣጭርቐቲ ዝጠቕለልዎ፡ ዝገዘርዎ፡ ዝበልዐ፡ ዝሰተየ፡ መገዲ ብምኻድ ዝደኸመን ኣብ መስቀል ዝተሸንከረን ሥጋ፡ ምስኡ እቲ ኵሉ ሕማም ዘይብሉ ቃል ተዋሒዱ እዩ።
፴፩ ወዓዲ ዝንቱ ሥጋ ተወድየ ውስተ መቃብር እንዘ ኢይትፈለጥ እመለኮቱ ወነፍሱሂ እንዘ ኢትትፈለጥ እመለኮት ወረደት ውስተ ሲኦል ከመ ታብሥር መድኃኒተ ለነፍሳት እለ ሙቅሕቶን	31 ከምኡ ውን እዚ ሥጋዝ ካብ መለኮቱ ከይተፈልየ ኣብ መቓብር ኃደረ፡ ነፍሱ ውን ካብ መለኮት ከይተፈልየት ነቶም ኣብ ገሃነም ዝነበሩ ነፍሳት ድኅነት ንኸተብሥር ናፃ ውን ኾይንብሮም ናብ ሲኦል ወረደት ሓዋርያ ጴጥሮስ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
ይነብራ ውስተ ገሃነም ወታግዕዞን በከመ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ ። ዮሐ ፲፱፡፵፭-፵፪። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳ ።	ከምዝበሎ። ዮሓ 19፡41-42። 1ይ ጴጥ 3፡18-20።
፴፪ ወበዝንቱ አእመርነ ጥቀ ሕፀተ አእምሮቶሙ ለእለ ይብሉ እስመ ቃል ተወለጠ ወተመይጠ ኀበ ከዊነ ዐፅም ወሥጋ ሶቦሰ ኮነ ዝንቱ እሙነ እምኢተቀብረ ሥጋ ውስተ መቃብር አላ እምወረደ ውስተ ሲኦል ከመ ያብሥር ግዕዛነ ለነፍሳት እለ ሀለዋ ህየ ።	32 ናይቶም ቃል ናብ ዓፅምን ሥጋን ምቕጋን ፈጺሙ ከምዝተለወጠ ዝዛረቡ መናፍቓን፡ ጕድለት ኣእምሮኦም ፈጺምና በዚ ፈለጥና። እዚስ ሓቂ እንተ ዝኸውን ኣብ ሲኦል ንዘለዉ ነፍሳት ናፅነት ኺህበሥር ደኣ ናብ ሲኦል ምወረደ ነይሩ እምበር ሥጋ ኣብ መቓብር ኣይምተቐብረን ነይሩ።
፴፫ ወባሕቱ ቃል ዘይትዋሐድ ምስለ ሥጋ ወነፍስ ውእቱ ወረደ በነፍስተ ሥጋ ውስተ ሲኦል ወሰበከ ግዕዛነ ለነፍሳት።	33 ግና ምስ ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ ንሱ ቃል ናይ ሥጋ ሕይወት ብዝኾነት ብኣካለ ነፍስ ናብ ሲኦል ወሪዱ ነተን ነፍሳት ናፅነት ሰበኾለን።
፴፬ ወሥጋሰ ተርፈ ኀበ ዮሴፍ ወኒቆዲሞስ በኅልኀታ እንዘ ይገንዝዎ ወይጠበልልዎ በሰበን በከመ ዜነወ ወንጌል ቅዱስ። ዮሐ ፲፱፡፴፰-፵፪ ።	34 ሥጋ ግና ቅዱስ ወንጌል ከምዝተዛረቦ ብበፍታ (ዓለባ) ክገንዝዎ ምስ ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ኣብ ኅልኀታ ነበረ። ዮሓ 19፡38-42።
፴፭ ወኮሎሙ አበዊነ መሀሩነ እንዘ ይብሉ እስመ ሥጋ ኢኮነ ቃለ በህላዌሁ አላ ውእቱ ሥጋሁ ለቃል ወለውእቱ ሥጋ ገሠሠ ቶማስ ድኅረ ተንሥአ እምነ ምውታን ወርእየ ውስቴቱ አሠረ ቅንዋት ዘተዐገሠ ቃል እንዘ ቅንው በሥጋሁ። መዝ ፳፪(፳፩)፡፲፮። ዮሐ ፳፡፳፬-፳፰።	35 ኣቦታትና፡ ሥጋ ብባህሪኡ ቃል ኣይኮነን፡ ቃል ዝለበሰ ሥጋ ደኣ እምበር ክብሉ መሃሩና። እዚ ሥጋዚ ውን ካብ ምዉታን ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሣኡ ቶማስ ዳህሰሰ፡ ነቲ ቃል ብሥጋኡ ክሽንኸር ከሎ ተዓጊሡ ዝተቐበሎ ሥምብራት ሽንካር ውን ብእኡ ረኣየ።መዝ 22(21)፡16። ዮሓ 20፡24-28።
፴፮ ወእምኀበለ ከመ ኢይትቀነው ሥጋሁ በቅንዋት ወባሕቱ ቃል ዘኢኮነ ሥጋ በህላዌሁ ሐሰበ ሕማመ ሥጋሁ ለሙቱ ወከማሁ ሶበ ጸፍዖ ሐራዊ መልታሕቶ ሥጋዌ ይቤሎ ቃል ተዋሐዶ ምስለ ሥጋሁ ለምንትኑ ትዘብጠኒ ረስዮ ሕማመ ሥጋሁ ለሙቱ ።	36 ሥጋኡ ብሽንካር ከምዘይሽንከር ምግባር ይከኣሎ ነይሩ'ዩ። ብባህሪኡ ሥጋ ዘይነበረ ቃል፡ ሥጋ ስለዝተዋሓደ ግና ሕማም ሥጋ ናቱ ገንዘብ ገበረ ደኣ እምበር። ከምኡ ውን እቲ ወተሃደር ነቲ ሥጋዊ ገጹ ብጽፍዒት ምስ ወቕየ እቲ ቃል ምስ ሥጋ ሓደ ኮይኑ ንምንታይ ትወቕዓኒ ኣሎኻ በሎ። ነቲ ናይ ሥጋ ሕማም ንርእሱ ገበሮ። ዮሓ 18፡21-24።
፴፯ ወዘኢይትረከብ በህላዌሁ ይቤ መጠውኩ ዘባንየ ለቅሥፈት ወመልታ ሕቴየ ለጽፍዓት ኢሜጥኩ ገጽየ እምኀፍረተ ምራቅ። ኢሳ ፶፡፮-፯። ማቴ ፳፮፡፷-፷፯።	37 ብባህሪኡ ዘይምርመር ንሱ ዝባነይ ንመግረፍቲ፡ ገጸይ ንጽፍዒት ሃብኩ፡ ካብቲ ዘጎፍር ምራቕ ገጸይ ኣይመለስኩን በለ። ኢሳ 50፡6-7። ማቴ 26፡60-68።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴	ዘአትናቴዎስ ም. 30
፴፰ ወከሎ ሕማመ ዘበጽሐ ላዕለ ሥጋሁ ለቃል ኮነ ቃል ይትዌከፎ ከመ ዘሎቱ ተዋሒዶ ምስለ ሥጋሁ ከመ ንሕነ ንከህል ንሳተፍ መለኮቶ ለዋሕድ ። ዕብ ፪፡፲፬። ፪ ጴጥ ፩፡፫-፬።	38 ቃል ኑቲ አብ ዝተዋሓዶ ሥጋ፡ ዝተገብረ ኮሉ ሕማም ምስ ሥጋ ተዋሒዱ ከም ናቱ ገንዘብ ገይሩ ቃል ይቕበሎ ነበረ። ንሕና ውን ንመልከት ወልድ ምምሳል ገንዘብ ንክንገብር እዩ። ዕብ 2፡14። 2ይ ጴጥ 1፡3-4።
፴፱ ወዘንቱ ግብር መንክር ውእቱ እስመ ዘኢየሐምም ሐመ በሥጋ ሐማሚ ወደክመ በሥጋ ኢይደክም በመለኮት እስመ ኢይቀርቦ ሕማም ለግሙራ ለአምላክ ቃል እስመ አምላክ ውእቱ በህላዌሁ። ዕብ ፯፡፳፫-፳፭	39 እዚ ሥራሕ እዚ ውን ድንቅ ረቂቕ እዩ፡ ከመይ እቲ ዘይሓምም ቡቲ ሕማም ዝሰማምየ ሥጋ ሓመመ፡ ብመለኮት ድኻም ዘይብሉ ንሱ ብሥጋ ደኸመ። ኣምላኽ ቃል ፈጺሙ ሕማም ኣይረኽቦን እዩ፡ ከመይ ብባህርዩ ኣምላኽ ስለዝኾነ። ዕብ 7፡23-25።
፵ ዘአልቦቱ ሥጋ ወዘኢየሐምም ሐመ በሥጋ ሕማሚ ተዋሒዶ ቃል ምስለ ሥጋ ሐማሚ ከመ ያዕትት ሕማመ እምነ ሥጋ ወገብረ ዘንተ ከመ ይጹር ሕማመ ዚአነ ወያዕትቶ እምኔነ ወየሀበነ ዘዚአሁ ሕይወተ ወአዕረገ ርእሶ መሥዋዕተ በእንቲኣነ። ዮሐ ፮፡፶፭። ኤፌ ፭፡፩-፪ ። ዕብ ፱፡፲፬-፲፭	40 ሥጋ ዘይነበሮ እቲ ዘይሓምም ብዝሓምም ሥጋ ሓመመ። ቃል ምስ ሓማሚ ሥጋ ተዋሓሒዱ ንሥጋ ካብ ሕማም ንከርጎቕ፡ ናትና ሕማም ንኽቕበልን ካባና ንኽርጎቕን፡ ናቱ ሕይወት ንክህበና እዚ ገበረ። ምእንታና ውን ርእሱ መሥዋዕቲ ገሩ ኣቕረበ። ዮሓ 6፡57። ኤፌ 5፡1-2። ዕብ 4፡14-16።
፵፩ ወወሀቦ ለጳውሎስ ሐዋርያሁ አምሳለ ከመ ይበል እስመ ዘይትዌለጥ ሀለዎ ይልበስ ዘኢይትዌለጥ ወዘይመውት ሀለዎ ይልበስ ዘኢይመውት። ፩ቆሮ ፲፭፡ ፶፩-፶፮።	41 እቲ ዝልወጥ ሥጋ፡ ነቲ ዘይልወጥ ምኻን ገንዘብ ክገብር ከምዘለዎ፡እቲ ዝመውት ሥጋ ውን ነቲ ዘይመውት ምኻን ገንዘብ ክገብር ከምዘለዎ ንኽምህር ንሓዋርያኡ ጳውሎስ ምሥጢሩ ገለጸሉ። 1ይ ቆሮ 15፡51-56።
፵፪ ወኢኮነ ዝንቱ በአምሳል ወኢበምትሐት በከመ ሐለዩ አብዳን ሰብእ አላ እንበለ ኑፋቄ ኮነ መድኅን ሰብአ ዘበአማን ከመ ያድኅን ኮሎ ሰብአ። ኢሳ ፷፫፡፰-፱። ዕብ ፭፡፱። ፩ዮሐ ፬፡፲፬ ።	42 ከምቲ ዓያሹ ሰባት ዝብልዎ፡ እዚ መሲልካ ብምትሓት ብሓሶት ዝተገብረ ኣይኮነን። ንኮሉ ሰብ ምእንቲ ከድኅን መድኅን ቃል ብዘይጥርጥር ሓቀኛ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ኢሳ 63፡8-9። ዕብ 5፡9። 1ይ ዮሓ 4፡14።
፵፫ እመሰ አስተርአየ ቃል በሥጋ ምትሐት ወአምሳል በከመ ይቤሉ እሙንቱ አብዳን እምኮነ መድኃኒተ እንለ እመሕያው ወትንሣኤሆሙ ምትሐተ ወአምሳለ በሐልዮ ባሕቲቱ በከመ ይቤሉ ሰብኡ ለማኒ ረሲዕ ።	43 እዞም ዓያሹ ከምዝበልዎ፡ ቃል ቡቲ ምትሓት ኣምሳል ብዝኾነ ሥጋ እንተ ዝርአ ነይሩስ ናይ ሰባት ድኅነትን ትንሣኤኦምን ምትሓት ኣምሳል ወይ ውን ብሓሳብ ጥራሕ ምኾነ ነይሩ። እዚ ኸኣ ህልውና እግዚኣብሔር ዝዘንግዑ ሰዓብቲ ማኒ ከም ዝበልዎ እዩ።
፵፬ እመሰ ኮነ ከመዝ አልቦቱ መድኃኒት ለሰብእ ሐሰ ዳእሙ መድኃኒትነሰ ኢኮነ ምትሐተ።	44 ከምዚ እንተኾይኑስ ንሰብ ድኅነት የብሉን። ፍጹም ኣይኮነን! ድኅነትናስ ብሓሶት ኣይተገብረን።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፥ ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 30፥ 31
፴፩ ወኮሎሙ ሰብእ ረከቡ መድኃኒተ በሥጋሁ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ ውእቱ ሥጋ ዘበአማን ወአሐዱ ውእቱ ምስለ ሥጋ ዚአነ ወእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እኅትነ ይእቲ እስመ ኮልነ እምነ አዳም ንሕነ።ሮሜ ፭፥፫። ዕብ ፪፥፲፮።	45 ኮሎም ሰባት ብሥጋ ጐይታና ድኀነት ረኸቡ፥ ከመይ ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓቀኛ ሥጋ እዩ፥ ምስ ሥጋና ውን ሓደ እዩ። እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ውን ወገንና እያ። ከመይ ንሕና ኮላትና ካብ አዳም ዝተረኽብና ኢና። ሮሜ 1፡3።ዕብ 2፡16።
፴፪ ወኢይትዐቀፍ እምኔክሙ ወኢመኑሂ በዝንቱ ነገር ንዘከር ዘይቤ ሉቃስ ወንጌላዊ ዘጸሐፈ እምድኅረ ትንሣኤሁ ለእግዚእነ እምነ ምውታን አመ ሐለይዎ መንፈሰ ሶበ ርእይዎ አርዳኢሁ ይቤሎሙ ነጽሩ እደውየ ወእገርየ እንዘ ውስቴቶሙ ትእምርተ ቅንዋት ከመ ታእምሩ ከመ አነ ውእቱ እስመ ለመንፈስሰ አልቦቱ ዐፅም ወኢሥጋ ዘከመ ትሬእዩ ብየ ወእምዝ አርአዮሙ እደዊሁ ወእገሪሁ። ሉቃ ፳፬፥፴፱-፴። ዮሐ ፳፥፲፱-፳፬። ግብ ሐዋ ፩፥ ፩-፫። ፩ቆሮ ፲፭፥ ፫-፱።	46 ካቫትኩም ዋላ ሓደ ይኹን በዚ ነገር'ዚ ምእንቲ ከይጠራጠር፥ ኑቲ ወንጌላዊ ሉቃስ ዝበሎ፥ ጐይታና ካብ ምውታን ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሣኡ ውን ዝጸሓፎ ንዘክር። ደቂ መዛሙርቱ ርእዮም ምትሓት ጌሮም ኣብ ዝሓሰብሉ ጊዜ ኣነ ባዕለይ ከምዝኾንኩ ንኽትፈልጡ ሥንብራት ሽንካር ዘለዎም ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ፥ ከምዚ ኣባይ ዝረኣኹምዎ ንምትሓት ዓፅምን ሥጋን የብሉን በሎም፥ ከምዚ ኢሉ ኣእጋሩን ኣእዳዉን ኣርኣዮም። ሉቃ 24፡36-40።ዮሓ 20፡19-29።ግብ ሓዋ 1፡1-3።1ይ ቆሮ 15፡3-9።
፴፫ ወዓዲ ብነ ክሂል ከመ ናስተኅፍሮሙ ለእለ ተሀበሉ ይበሉ እስመ እግዚእነ ተመይጠ ወተጠብለለ ኀበ ከዊነ አዕፅምት ወሥጋ ወውእቱሂ ኢይቤ ዘከመ ትሬእዩኒ እስመ አነ ዐፅም ወሥጋ አላ ይቤ ዘከመ ትሬእዩ ብየ።	47 ከምኡ ውን ነቶም ደፈሮም፥ ጐይታና ናብ ኣዕፅምቲ ሥጋ ምኻን ተለወጠ ዝበሉ ከነጎፍሮም ንኽእል ኢና። ንሱ ባዕሉ ከምዚ ትርእዩኒ ዘሎኹም ኣነ ኣዕፅምቲ ሥጋ እየ ኣይበለን። ኣባይ ከምትርእይዎ በለ ደኣ እምበር።
፴፬ ይቤ ዘንተ ከመ ይእመኑ እስመ ከመዝ ሀሎ እምቅድመ ይመጹ ወውእቱ ክመ እምድኅረ ተንሥአ እሙታን እሉሰ ነሥኡ ዘንተ ትምህርተ ክሡተ ከመዝ።	48 ከይሞተ ከሎ ከምኡ ከምዝነበረ፥ ድኅሪ ካብ ሞት ተፈልዩ ምትንሣኡ ውን ከምኡ ዘይተለወጠ ከምዝኾነ ንኽኣምኑ ነዚ ተዛረበ። ንሳቶም ከኣ ነዚ ግሉጽ ትምህርቲ ከምዚ ተቐበሉ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፴፭	**ምዕራፍ 31**
፩ ወእለሂ ይደልወነ ከመ ንትዋሥአሙ ወንስድዶሙ ወናኅሥሮሙ ለእለ ይብሉ ይትዔረይ ህላዌ ሥጋሁ ለእግዚእነ ምስለ ህላዌ መለኮቱ ለቃል በግህደተ ሃይማኖትነ። ማቴ ፲፰፥፲፩-፲፱። ፩ቆሮ ፭፥፬-፮። ቲቶ ፩፥፱-፲፫። ራእ ፪፥፭-፮።	1 ንኣና ውን ጐይታና ዝተዋሓዶ ባህርየ ሥጋ ምስ ባህርየ ቃል መለኮቱ ሓደ እዩ ንዝብልዎ፥ ሃይማኖትና ብምርዳእ ክንከራኸሮምን ክንፈልዮምን ከነውግዞምን ይግብኣና እዩ። ማቴ 18፡15-19። 1ይ ቆሮ 5፡4-6። ቲቶ1፡9-13። ራእ. 2፡5-6።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
፪ እስመ ህላዌሁ ለሥጋ ዘተዋሐደ ቦቱ ቃል ኢኮነ ዕሩየ በጥንት ምስለ ህላዌ መለኮት አላ እሙነ ነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወኢተወለጠ ቃል ለከዊነ ዐፅም ወሥጋ።	2 ከመይ ቃል ዝተዋሓዶ ባህርየ ሥጋ ምስ ባህርየ መለኮቱ ብቅድምና ሓደ ኣይኮነን። ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብሓቂ ሥጋ ተዋሓደ እምበር፡ ቃል ውን ሥጋን ኣዕፅምትን ንምኻን ኣይተለወጠን።
፫ ወያመከንዩ ዐላውያን በነገሩ ለዮሐንስ ወንጌላዊ ዘይቤ ወውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ወበእንተዝ ይቤሉ ተወለጠ ቃል ለከዊነ ዐፅም ወሥጋ ። ዮሐ ፩፡፲፬።	3 መናፍቓን ነቲ ወንጌላዊ ዮሓንስ “እቲ ቃል ሥጋ ኮነ” ንዝበሎ ምኽንያት ይገብሩ እዮም። በዚ ኸኣ ቃል ናብ ሥጋ ምኻን ተለወጠ ይብሉ። ዮሓ 1፡14።
፬ ንሕነሰ ንተረጉም ዘንተ ህልወ በአምጣነ ንክል ወዝንቱ ነገር ይትማሰል ምስለ ነገሩ ለጳውሎስ ዘይብል በውስተ መጽሓፉ እስመ ክርስቶስ ቦአ ውስተ መርገም በእንቲአነ እንዘ ኢይቀርቦ መርገም አላ ሠምረ ከመ ይጸር መርገመ ዚአነ ወበእንተ ዝንቱ ተብህለ ከመ ውእቱ ቦአ ውስተ መርገም። ዘዳግ ፳፩፡፳፫። ገላ ፫፡፲፫-፲፬።	4 ንሕና ግና ከም መጠን ዝተገልጸልና፡ ነዚ ቀዋሚ ጌርና ንትርጉም ኣሎና። እዚ ነገር'ዚ ምስቲ ክርስቶስ ምእንታና ናብ መርገም ከምዝኣተወ ኣብ መጽሓፉ ዝበሎ ናይ ጳውሎስ ነገር ይመስል። መርገም ከይሃለዎ ናትና መርገም ኻኽሽከም ፈተወ፡ በዚ ናብ መርገም ኣተወ ተባህለ። ዘዳግ 21፡23። ገላ 3፡13-14።
፭ ወዓዲመ ከመዝ ነገሩ ለዮሐንስ ወንጌላዊ ዘይቤ ወውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢይቤ ተወለጠ ለከዊነ ሥጋ አላ ተሠገወ በእንቲአነ ወብሂሎቱ ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ይተረጐም በነሢአቱ ሥጋ ወበከዊኖቱ ሰብአ።	5 እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ዝበሎ ነገሩ ናይ ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን ከምዚ እዩ። ሥጋ ናብ ምኻን ተለወጠ ኣይበለን ምእንታና ሰብ ኮነ በለ ደኣ እምበር። እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ማለቱ ሥጋ ተዋሓደ ሰብ ውን ኮነ ተባሂሉ ይትርጐም።
፮ ወኢዩኤልሂ ነቢይ ጸሐፈ በውስተ ትንቢቱ እንዘ ይብል ከመዝ እክው እምነ መንፈስየ ዲበ ኵሉ ዘሥጋ ወዝንቱ ትርጓሜ ኢይበጽሕ ኀበ ኵሎሙ ለባሲያነ ሥጋ እለ ኢይነብቡ አላ ይተረጐም ለሰብእ ለባሕቲቶሙ ዘበእንቲአሆሙ እግዚእነ ኮነ ሰብአ። ኢዩ ፪፡፳፰። ግብ ሐዋ ፪፡፲፮።	6 ነቢይ ኢዩኤል ውን ኣብ ትንቢቱ ከምዚ በለ። “ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሥጋዊ ደማዊ መንፈስ ቅዱስ ከኀድር እየ” ናይዚ ትርጓሜ ውን ነቶም ጐይታ ሰብ ዝኾነሎም ንሰባት ጥራይ ይንገር ደኣ እምበር። ነቶም ዘይዛረቡ ንባብ ኣእምሮ ዘይብሎም ሥጋ ዝለበሱ ኵሎም ኣይንገርን እዩ። ኢዩ. 2፡28። ግብ ሓዋ 2፡16።
፯ ወከመዝ ይተረጐም ነገሩ ለቅዱስ ዮሐንስ ዘይቤ ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ በነሢአቱ ለቃል ሥጋ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም።	7 እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ዝበሎ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ነገር ውን ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም እቲ ቃል ሥጋ ከምዝተዋሓሓደ ይንገር።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
፰ ይትኀፈሩ እንከሰ እሙንቱ ባሕቲቶሙ እለ ይሔልዩ ከመ ሀለዎ ለቃል ሥጋ እምቅድመ ይሰባእ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወነፍስተ ሥጋሁኒ ሀለወት ቦቱ እምቅድመ ይምጻእ ውስተ ዓለም።	8 እምበኣር ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋን ነፍስን ቅድሚ ምውሕሓዱ ንቃል ሥጋ ከምዝነበሮ፡ ናብዚ ዓለምዚ ቅድሚ ምምጽኡ ኣብ ሥጋኡ ዘላ ነፍሲ ከምዝነበረቶ በይኖም ዝዛረቡ እዚኣቶም ይኀፈሩ።
፱ ይትኀፈሩ እንከሰ እለ ይብሉ ዘንተ እስመ ሥጋሁ ኢመዋቲ ውእቱ አው እምህላዌሁ ኢመዋቲ ውእቱ እመሰ መዋቲ ውእቱ ኢሞተ እፎኑ መሀረ ጳውሎስ ለሰብኣ ቆሮንቶስ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ሞተ በከመ ጽሑፍ ወተንሥአ እምነ ሙታን እመሰ ኢሞተ እፎመ ሆኮ ለሞት። ፩ቆሮ ፲፭፡፩-፶፭	9 ከምዚ ካብ ኮነ ሥጋኡ ዘይመውት ከምዝኾነ፡ ካብ ዘይመውት ባህሪኡ ውን ከምዝተረኽበ ነዚ ነገርዚ ዝዛረቡ መልሲ ይስኣኑ። እቲ ዝመውት ንሱ እንተ ዘይሞይቱ ደኣ ሓዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንቶስ ንምንታይ መሃረ፡ ክርስቶስ ሞተ ካብ ሙታን ከኣ ተፈልዩ ተንሥአ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ እንተዘይመውት ደኣ ንሞት ከመይ ኢሉ ሰዓሮ፡ 1ይ ቆሮ 15፡1-57።
፲ ርጉማነ ለይኩኑ እሉ እለ ይሔልዩ እንዘ ይብሉ እመ ንቤ እስመ ሥጋ እማርያም ውእቱ ይከውን ሥላሴ ርቡዐ ወለእመሰ ንቤ እስመ ህላዌሁ ለሥጋ ይትዔረይ ምስለ ህላዌሁ ለቃል ይሄሉ ሥላሴ ዘከመ ሀልዎቱ ሥሉስ እስመ ቃል ኢነሥአ ምንተኒ ነኪረ እምኔሁ እመሰ ንቤ ሥጋ ሰብእ ነሥአ እማርያም ወተዋሐደ ቃል ምስሌሁ ይከውን ነኪረ ህላዌሁ እምሥላሴ ወይከውን ሥላሴ ርቡዐ እስመ ዘንተ ይቤሉ ተወሰከ ዲቤሁ ሥጋ።	10 “ሥጋ ካብ ማርያም ዝተረኽበ እዩ እንተበልና ሥላሴ ኣርባዕተ ይኸውን፡ ባህርየ ሥጋ ምስ ባህርየ ቃል ብቅድምና ሓደ እዩ እንተ በልና፡ ሠለስትነት ከም ዝነበሮ ብሠለስትነት ጸኒዑ ይነብር። ቃል ካብኡ ዝተፈልየ ባህርይ ምንም ኣይወሰደን፡ ከመይ ቃል ካብ ማርያም ሥጋ ወሲዱ ምስኡ ተዋሓደ እንተበልና ግና ባህርዩ ካብ ሥላሴ ፍሉይ ይኸውን ሥጋ ስለ ዝተወሰኸ ውን ሥላሴ ኣርባዕተ እዩ” ዘስምዕ ኢሎም ዝዛረቡ ንሳቶም ዝተረግሙ ይኹኑ።
፲፩ ወኢየአምሩ እስመ ስሑታን እሙንቱ ወኀሠራን በትምህርተ ዚኣሆሙ እመሰ ይቤሉ እስመ ኢኮነ ሥጋ እማርያም አላ ዕሩይ ውእቱ ምስለ ህላዌሁ ለቃል ይከውን ትምህርተ ንባቦሙ ክዱነ ወኀቡዐ ወዘኢከሠትዎ እሙንቱ ንሕነ ንዜንዎሙ ክሡተ ። ማቴ ፯፡፲፭-፳።	11 ነዚ ይዛረቡ፡- ብትምህርቶም ስሑታንን ጎሠራንን ከምዝኾኑ ኣይፈለጡን። ምስ ባህርየ ቃል ብቅድምና ሓደ እዩ እምበር ሥጋ ካብ ማርያም ኣይተረኽበን እንተ በሉ ግና ዝምህርዎ ትምህርቶም ፈጺሙ ዝተሠወረ ይኸውን። ንሳቶም ዘይገለጽዎ ንሕና ገሊጽና ንነግሮም ኢና። ማቴ 7፡15-20።
፲፪ ዘከመ ሃይማኖትነሰ ኢይከውን ሥላሴ ርቡዐ በእንተ ትስብእቱ ለቃል እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እስመ ተዋሐደ ምስሌሁ	12 ከም ሃይማኖትና ግና፡ ቃል ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ስለዝኾነ ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ስለዝተዋሓደ ንሥላሴ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
በ፩ዱ ገጽ ወበ፩ዱ ህላዌ ዳእሙ ዘከመ ሃይማኖቶሙ ይከውን ሥላሴ ርቡዐ።	ኣርባዕተ ኣየብልንዩ። ከም ሃይማኖቶም ግና ንሥላሴ ኣርባዕተ የብል።
፲፫ ወበከመ ወልድ ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ወኢኮነ አበ አላ ውእቱ ወልድ ዘዕሩይ ምስለ አብ ወከማሁመ ዓዲ ለእመ ኮነ ዕሩየ ሥጋ ምስለ ህላዌሁ ለቃል እምጥንት ወኢኮነ ቃለ አላ ካልእ ውእቱ እምህላዌሁ ይከውን ሥላሴ ርቡዐ ምስለ መንፈስ ቅዱስ ዘከመ ትምህርቶሙ ርከቦስት።	13 ምስ **አብ** ሓደ ዝኾነ ወልድ እዩ ደኣ እምበር። ወልድ ብባህርይ ምስ **አብ** ሓደ ከምዝኾነ **አብ** ከምዘይኮነ፣ ከምኡ ድማ ሥጋ ብቅድምና ምስ ባህርየ ቃል ሓደ እንተ ኾይኑ፣ ካብ ባህርየ ቃል ውን ፍሉይ ካብ ኮነ፣ ቃል ውን ካብ ዘይኮነ፣ ከምቲ ርኹስ ትምህርቶም ምስ መንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ኣርባዕተ የብል ማለት እዩ።
፲፬ ንሕነሰ ንቤ እስመ ሥላሴ ፍጹም ዘበአማን እንበለ ፍልጠት ወኢይክል መኑሂ ይወስክ ውስቴቶሙ ፍድፋዴ እፎመ ይከውኑ እሉ ክርስቲያነ እለ ይሔልዩ ካልአ እምሥላሴሁ ለእግዚ አብሔር።	14 ንሕና ግና ብዘይ ምፍላይ ሠለስትነት ብሓቂ ፍጹም ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ማንም ኣብ ልዕሊ ሠለስትነት ራብዓይ ኣካል ክውሰኽ ኣይክእልን እዩ። ካብ እግዚኣብሔር ካብ ሠለስትነቱ ካልእ ራብዓይ ኣካል ኣሎ ዝብሉ እዚኣቶም ብከመይ ክርስቲያን ይብሃሉ።
፲፭ ወዓዲመ ይደልወነ ንነጽር ዕበዶሙ በካልእ ፍና ወንበል እመሰ ይሔልዩ ቃለ መጻሕፍት እስመ ሥጋ መድኅን ሥጋ ሰብእ እማርያም ውእቱ ወበእንተ ዝንቱ ይቤሉ ይደሉ ይትበሀል ሥላሴ ርቡዐ እስመ ሥጋ ተወሰከ ዲቤሁ ኅጉላን እሙንቱ ጥቂ ወኣስተማሰልዎ ለፍጡር ምስለ ፈጣሪ።	15 ከምኡ ውን ነቲ ዘይምፍላጦም ብካልእ ኣንቀጽ ክንምርምር ይግብኣና፣መድኅን ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ማርያም ዝተረኽበ ሥጋ ሰብ ከምዝኾነ መጻሕፍቲ ዝበልዎ ፈሊጦም፣ ሥጋ ስለዝተወሰኾ ሥላሴ ኣርባዕተ ክበሃል ይግባእ ኢሎም እንተ ደኣ ሓሲቦም ፈጺሞም ዝተጐድኡ እዮም ንብል። ከመይ ነቲ ፍጡር ሥጋ ምስ ፈጣሪ ማዕረ ስለዝገብርዎ።
፲፮ ወበዕበዶም ሐለዩ ተውሳከ ውስተ መለኮተ ሥላሴ ወኢያእመሩ እስመ ቃል ኢነሥአ ሥጋ ከመ ይኩኖ ተውሳከ ለመለኮቱ አላ ይኩኖ ሥጋ በተዋሕዶ።	16 በቲ ኣእምሮ ምስኣኖም ውን ንባህርየ ሥላሴ ካልኣይ፣ ንኣካል ድማ ራብዓይ ከምዘሎ ተዛረቡ። ቃል ንመለኮት ካልኣይ ክኾኖ ኢሉ ሥጋ ከምዘይተዋሓደ ኣይፈለጡን፣ ንሥጋ ብተዋሕዶ ገንዘብ ንክኾኖ እዩ ደኣምበር።
፲፯ ወኢተወልደ ቃል እማርያም በሥጋ ከመ ይኩን ዕሩየ አላ ከመ ይኩን መድኅነ ለእጓለ እመሕያው።	17 ምልኣት ንክኾኖ ኢሉ ቃል ብሥጋ ካብ ማርያም ኣይተወልደን፣ መከራ ተቐቢሉ ሞይቱ ሰብ ከድኅን ደኣ እምበር።
፲፰ እፎኑ ወበአይ አምሳል ንትአመን ከመ ሥጋ ዘለብሶ መለኮት ውነረዮ ወአሕየዎ ኮነ ተውሳከ ለመለኮት አላ ሥጋ ረከበ ዕበየ ወብዝኀ ፍድፍድና በተሣትፎቱ ወበተዋሕዶቱ ምስለ ሥጋ።	18 መለኮት ዝተዋሓዶ ዘኽበሮ ሕያው ኣምላኽ ዝገበሮ ሥጋ፣ ንባህርይ ካልኣይ ንኣካል ራብዓይ ከምዝኾነ ብምንታይ ነገር ብምንታይ ሥራሕ ንኣምን። እኳ ደኣ ሥጋ ምስ ቃል ፈጺሙ ብምውሕሓዱ ኣምላኽነትን ዘይምርመር ጐይትነትን ረኸበ።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም.31
፲፱ እንዘ መዋቲ ኮነ ኢመዋቴ ወእንዘ ሥጋዊ ኮነ መንፈሳዊ ወእንዘ ምድራዊ ውእቱ ናሁ ጎለፈ አናቅጸ ሰማየ ሰማያት ወሥላሴ ይሄሉ ዘልፈ በሥላሴ ወበነሢኦቱ ለቃል ሥጋ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ኢይከውን ተውሳከ ወኢታሕፀፀ ውስተ ሥላሴ አላ ፍጹም ውእቱ ዘልፈ በተዋሕዶተ መለኮት ወበትሥልስተ ገጻት በፍጹም አካላት።	19 መዋቲ ክንሱ ዘይመውት ኮነ፥ ግዙፍ ከሎ ረቂቕ ኮነ፥ ምድራዊ ከሎ ልዕሊ ልዕልና ናቱ ገበረ። ሠለስትነት ግና ኮሉ ጊዜ ብሠለስትነቱ ጸኒዑ ይነብር። ቃል ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ብምውሕሓዱ ንሥላሴ ናይ አካል ራብዓይ ናይ ባህርይ ካልኣይ አይከውንን እዩ። ኮሉ ሳዕ ብባህርይ ሓድነት፥ ብፍጹም አካላት ብዘሎ ብገጽ ሠለስትነት ፍጹም እዩ ምበር።
፳ ዘንተ ነአምን በአእምሮ ወዘንተ ንሰብክ ውስተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	20 ሓድነትን ሠለስትነትን ብምፍላጥ ነዚ ንኣምን። አብታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ውን ነዚ ንምህር።
፳፩ ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር አብ አቡሁ ለቃል ወ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር ወልድ ወልዱ ለአብ ወቃሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦስ መንፈሶሙ ለአብ ወለወልድ።	21 ናይ አካላዊ ቃል አቦኡ እግዚአብሔር አብ ብፍሉይ አካሉ ሓደ እዩ። ናይ አብ ወዱ ቃሉ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚአብሔር ወልድ ውን ብፍሉይ አካሉ ሓደ እዩ። ናይ አብን ወልድን እስትንፋሶም ዘጽንዕን ዘንጽሕን እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ውን ብዝተፈልየ አካሉ ሓደ እዩ።
፳፪ ወዓዲመ ይብሓሙ ወያርምሙ ተረፈ ዐላውያን እለ ይሔልዩ በእከዮሙ ወይቤሉ እስመ ዘወለደቶ ማርያም ኢኮነ ክርስቶስሃ ወኢእግዚአ ወኢአምላክ እመሰ ኢኮነ ህልወ እግዚአብሔር ቃል ውስተ ሥጋ እፎኑ ተሰምየ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ አመ ጊዜ ልደቱ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም።ኢሳ ፯፡፲፬።ማቴ ፩፡፲፰-፳፭።	22 ከምኡ ውን ብክሕደቶም ሓሲቦም ማርያም ዝወለደቶ ክርስቶስ ገዛኢ ፈጣሪ ከምዘይኮነ ዝዛረቡ ደቂ መናፍቓን ፈጺሞም መልሲ ይስኣኑ። እግዚአብሔር ቃል ሥጋ እንተ ዘይዋሓድ፥ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም አብ ዝተወልደሉ ጊዜ ከመይ ኢሉ ኣማኑኤል ተሰምየ፥ ትርጉሙ እግዚአብሔር ካብ ሥጋና ሥጋ ካብ ነፍስና ነፍስ ወሲዱ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ኾነ ማለት እዩ። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡18-25።
፳፫ እመሰ ኢተወሐደ ቃል ምስለ ሥጋሁ እፎኑ እንከ ጸሐፈ ጳውሎስ ሐዋርያ ውስተ መልእክቱ ለሰብአ ሮሜ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ በእንቲኣነ እግዚአብሔር ዘውእቱ ላዕለ ኵሉ አምላክ ቡሩክ ለዓለመ ዓለም አሜን። ሮሜ ፭፡፭-፲፪። ፱፡፭-፭ ።	23 እምበኣር ቃል ሥጋ እንተዘይተዋሒዱ ደኣ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮማ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ ብሓቂ ንዘለዓለም ክቡር ኣምላኽ ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ እግዚአብሔር ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ ኢሉ ንምንታይ ጸሓፈ፥ ሮሜ 5፡7-12። 9፡1-5።
፳፬ ወዓዲ ነአምር ዐመፃሆሙ ወናስተጎፍሮሙ ለእለ ይክሕድዎ	24 ከምኡ ውን ነቲ ምእንታና ዝተሰቐለ ዝኽሕዱ፥ ኣምላኽ ኣይኮነን ንዝብሉ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
ለዘተሰቅለ በእንቲአነ ወይቤሉ ኢኮነ አምላከ ይለብዉ እንከሰ ዘከመ ይብሉ ቅዱሳት መጻሕፍት በእንቲአሆሙ ወፈድፋደሰ ባህሎ ለቶማስ ሐዋርያ ዘጸርሐ እንዘ ይብል እግዚእየ ወአምላኪየ እምድኅረ ነጸረ ቦቱ ትእምርተ ቅንዋት።	ክሕደቶም ፈሊጥና ነውግዙም። እምበኣር ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዛዕባኡም ዝብልዎ ይፍለጡ፡ ብዝያዳ ድማ እቲ ሥንብራት ሽንካሩ ኣብኡ ድኅሪ ምርኣዩ ጐይታይ ፈጣሪየይ ኢሉ ዝተዛረበ ሓዋርያ ቶማስ ናቱ ነገር ይፍለጡ። ዮሓ 20፡24-29።
፳፭ ዝንቱ ዘበአማን እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር ወውእቱ እግዚእ ቡሩክ ላዕለ ኵሉ እንዘ ሀሎ በሥጋ ፀረፍዎ ወሰቀልዎ ዲበ ዕፀ መስቀል ወጽአ እምገቦሁ ደም ወማይ ረገዝዎ። ዮሐ ፲፱፡፩-፴፬። ዘካ ፲፪፡፲። ራእ ፩፡፯።	25 ንሱ ብሓቂ እግዚኣብሔር እዩ። ወዲ እግዚኣብሔር እዩ። ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ ናይ ባህርይ ጐይታ ንሱ እዩ። ግና ሥጋ ተዋሒዱ ከሎ ዕሩቕ ብእሲ በልዎ፡ ዕራቑ ጌሮም ከኣ ሰቐልዎ። ኣብ መስቀል ምስ ሸንኮርዎ ብሥጋ ሓመመ፡ ምስ ወግእዎ ውን ካብ ጐድኑ ጽሩይ ማይን ውዑይ ደምን ፈሰሰ። ዮሓ 19፡1-39። ዘካ 12፡10። ራእ 1፡7።
፳፮ ወእንዘ ይትወሐድ ሥጋ ምስለ ቃል ወይመልእ መለኮት ተዐገሠ ዘንተ ኵሎ ሕማመ በእንቲአነ እስከ በጽሐ ለሞት ወሞቱሂ ዘበመስቀል። ፊል ፪፡፩-፱። ዕብ ፲፪፡፪-፫ ።	26 ሥጋ ምስ ቃል ተዋሒዱ መለኮት ውን ጕድለት ዘይብሉ ከሎ ክሳዕ ናብ ሞት ዝበጽሕ ምእንታና እዚ ኵሉ መከራ ተቐበለ። ሞቱ ድማ ኣብ መስቀል ነበረ። ፊል 2፡5-9። ዕብ 12፡2-3።
፳፯ ወበእንተ ዝንቱ ሶበ ነጸረ ፀሐይ ፈጣሪሁ እንዘ የሐምም ወይፄዐር በሥጋ ተሰቂሎ ዲበ ዕፅ ጎብዐ ብርሃኖ ወጸልመ ኵሉ ዓለም። ሉቃ ፳፫፡፵፬።	27 ምእንትዚ ፀሓይ፡ ፈጣሪኡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ መከራ ክቕበል ከሎ ምስ ርኣየ ብርሃኑ ከልከለ ኵሉ ዓለም ከኣ ጸልማት ኮነ። ሉቃ 23፡44።
፳፰ ወበህላዌ ሥጋኑ መዋቲ ሶበ ተንሥአ እሙታን ወለጠ ግብረ ህላዌነ እስመ አእተተ እምኔነ ሙስና ዘኮነ በህላዌነ። መዝ ፲፮(፲፭)፡፰-፲፩። ግብ ሐዋ ፪፡፳፪-፳፱።	28 ብመዋቲ ባህርየ ሥጋና ካብ ሞት ተፈልዩ ምስ ተንሥኣ ናይ ባህርይና ሥራሕ ኣጥፍኡ፡ ኣብ ባህርይና ዝነበረ ምልዋጥ ካባና ኣርኃቐ። መዝ 16(15)፡8-11። ግብ ሓዋ 2፡22-29።
፳፱ እስመ እግዚአብሔር ቃል ተዋሐደ ምስሌሁ አመ ለብሰ ሥጋ ክቡር ዘይከብር እምነ ኵሉ ሥጋት ፈድፋደ ወረሰዮ ዘእንበለ ሙስና።	29 እግዚኣብሔር ቃል ምስኡ ስለ ዝተዋሓደ ካብ ኵሉ ሥጋ ዝበልጽ ፈጺሙ ዝኸበረ ሥጋ ገንዘቡ ምስ ገበረ ምልዋጥ ዘይብሉ ገበሮ።
፴ ወዓዲ ናሁ ተከሥተ ዓመፃሆሙ ወድቀቶሙ ውስተ ኵኔነ ለእለ ይብሉ ወይሔልዩ ከመ ቃል ኀደረ ላዕለ ብእሲ ወኮነ ለፌ እማርያም ዘከመ	30 ከምኡ ውን ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኵሉም ነቢያት ከምዝኃድር፡ ቃል ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኃደረ፣ ካብ ማርያም ንደኃር ከምዝተረክበ ሓሲቦም ዝዛረቡ ሰባት ቡቲ

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
ኀደረ ላዕለ ኵሉ ፩ዱ ፩ዱ እምነቢያት።	ክሕደቶም ኣብ ኵነኔ ምውድቆም እንሆ ተፈልጠ።
፴፩ እመሰ ኮነ ከመ ኵሉ ሰብእ ለምንትኑ ኮነ እምድንግል ባሕቲታ ወለምንትኑ ኢኮነ እምብእሲ ወብእሲት ከመ ኵሉሙ ቅዱሳን ነቢያት እመሰ ኀደረ ቃል ላዕሌሁ ከመ ኵሉሙ ነቢያት ለምንትኑ ኢተብህለ በእንተ ግብሮሙ እምልደቶሙ እስከ ዕለተ ሞቶሙ ኮነ በእንቲኣነ አላ በእንተ ርእሶሙ ባሕቲቶሙ ። ዘፍ ፭፡፩-፯። ኢሳ ፯፡፲፬።	31 ከም ኵሉ ሰብ እንተ ኾይኑ ደኣ ስለምንታይ ካብ ድንግል ጥራይ ተወልደ፡ ከም ኵሎም ቅዱሳን ነቢያት ንምንታይ ካብ ኣደን ኣቦን ዘይተወልደ፡ ቃል ኣብ ኵሎም ነቢያት ከምዝኃድር እንተ ዝኃድር፡ ካብ ዝውለዱ ጀሚሮም ክሳዕ ሞቶም ዝሠርሕዎ ሥራሕ ንኣና ንምድኃን እዩ ዝተገብረ ንምንታይ ኣይተባህለን፡ ርእሶም ጥራይ ንምድኃን ከምዝኾነ ደኣ ተነግረ እምበር። ዘፍጥ 5፡1-7። ኢሳ 7፡14።
፴፪ እመሰ ኀደረ ቃል ላዕሌሁ ከመ ኵሎሙ ነቢያት ለምንትኑ ተብህለ በእንተ ዝንቱ ባሕቲቱ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ምዕረ ቦኡ ውስተ ዓለም በደኃሪ መዋዕል። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፩፡፪።	32 ኣብ ኵሎም ነቢያት ከም ዝኃድር ቃል እንተ ኃዲሩ ደኣ፡ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብምውላዱ ምእንቲ ርእሱ ጥራይ ሓሙሽተ ሺሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዘመን ምስ ተፈጸመ ሓደ ጊዜ ሰብ ኮይኑ ተወልደ ተባሂሉ ንምንታይ ተነግረ፡ ገላ 4፡4። ዕብ 1፡6።
፴፫ እመሰ ኀደረ ቃል ላዕሌሁ ዘከመ ኀደረ ላዕለ ኵሎሙ ቅዱሳን እለ ኮኑ እምቅድሜሁ ወእሉ ኵሎሙ ለምንት ኢተንሥኡ ሶበ ሞቱ ዘእንበለ ዳእሙ ዝንቱ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ባሕቲቱ ተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት ። ፩ቆሮ ፲፭፡፬	33 ኣቐዲሞም ኣብ ዝነበሩ ኵሎም ቅዱሳን ከምዝኃድር ቃል ካብ ዝኃደሮ ደኣ ኵሎም እዚኣቶም ምስ ሞቱ ንምንታይ ኣይተንሥኡን፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ እዚ ጥራይ ብሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ተፈልዩ ተንሥአ እምበር።1ይ ቆሮ 15፡4።
፴፬ እመሰ ኀደረ ቃል ላዕሌሁ ከመ እልክቱ ለምንትኑ ተብህለ በእንተ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም ይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ እስመ ሥጋ ዘተወልደ ቦቱ ምሉእ ውእቱ ፍጹም መለኮቱ።ቈላ ፪፡፰-፱።ማቴ ፩፡፳፪-፳፫።	34 ኣብዞም ነቢያት ከም ዝኃድር ቃል ካብ ዝኃደሮ ደኣ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ስለዝተወልደ ስሙ ኣማኑኤል ይበሃል ንምንታይ ተባህለ፡ ትርጕሙ ድማ እግዚኣብሔር ሥጋናን ነፍስናን ወሲዱ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ ማለት እዩ፡ ከመይ ዝተወልደሉ ሥጋ ፍጹም መለኮት ዝተዋሓዶ እዩ። ቈላ 2፡8-9። ማቴ 1፡22-23።
፴፭ እመሰ ኀደረ ቃል ላዕሌሁ ዘከመ ኵሉ ሰብእ ለምንትኑ ተብህለ በእንተ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ከመ ውእቱ በልዐ ወሰትየ ሐመ ወሞተ አኮኑ አእሚሮሙ ከመ ውእቱ ይትሌዓል እምዝንቱ ኵሉ ። ማቴ ፲፩፡፲፱። ዕብ ፯፡፳-፲፳።	35 ኣብ ኵሉ ሰብ ከምዝኃድር ቃል ካብ ዝኃደሮ፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ስለዝተወልደ በልዐ ሰትየ ሓመመ ሞተ ተባሂሉ ንምንያት ተነግረ፡ ንሱ እዚ ኵሉ ከምዘይብሉ ፈሊጦምዶ ኣይኮነን። ማቴ 11፡19። ዕብ 7፡8-18።

ዘአትናቴዎስ ም. ፴፩	ዘአትናቴዎስ ም. 31
፴፮ ወባሕቱ ይቤዙ ኪያነ ለቢሶ ሥጋነ አብጽሐ ኀቤሁ ግብረ ሥጋ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ። ዕብ ፬፡፲፭-፲፮	36 ንኣና ምእንቲ ከድኅን ሥጋና ተዋሒዱ ብዘይካ ኃጢኣት ናይ ሰብነት ሥራሕ ሠርሐ እምበር።ዕብ 4፡14-16።
፴፯ ወሰብእሰ ኮሎሙ እምአዳም እስከ ይእዜ ኮነ ልማዶሙ በሊዕ ወሰትይ ወሕማም ወሞት ወበዑቀተ ልማደ ህላዌሆሙ ለሰብእ ኢተብህለ በእንቲአሆሙ ዝንቱ ኮሉ ዘእንበለ ለባሕቲቱ ለዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወኮሎ ዘረከቦ ለሥጋ ረሰየ ሎቱ።	37 ኮሎም ሰባት ካብ ኣዳም ክሳዕ ሎሚ ምብላዕ ምስታይ ምሕማም ሙማት ልማዶም እዩ። እዚ ሥራሕ'ዚ ባህርዮም ከምዝኾነ ብምፍላጥ ውን እዚ ኮሉ ኣይተነግረሎምን፣ ነቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ጥራይ ተነግረ ደኣ እምበር። ከምኡ ውን ነቲ ናይ ሥጋ ገንዘብ ዝኾነ ኮሉ መከራ ናቱ ንዝገበሮ ጥራይ ተነግረ እምበር።
፴፰ ወለእልክቱሰ ኮሎሙ ተብህለ በእንቲአሆሙ ከመ እሙንቱ ተወልዱ እምብእሲ ወብእሲት ወለዝንቱሰ ዘወጽአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ተብህለ በእንቲአሁ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ። ዮሐ ፩፡፲፬።	38 ብዛዕባ እቲኣምሲ ኮሎም ንሳቶም ካብ ኣቦን ካብ ኣደን ከምዝተወልዱ ተነግረ። ብዛዕባ እቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ግና ቃል ሥጋ ኮነ ተባሂሉ ተነግረ። ዮሓ 1፡14።
፴፱ ንሕነሰ ንብል በእንተ እልክቱ ኃደረ ላዕሌሆሙ ከመ ይትነበዩ ባሕቲቱ ወባሕቱ ቃል ሥጋ ነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወወጽአ እምኔሃ ብእሲ ዘህልው በህላዌ መለኮት ወልደ እግዚአብሔር ዘምስለ ሥጋሁ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እምዘርአ ዳዊት ወኮነ ሰብአ በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ። ሮሜ ፩፡፫።	39 ንሕና ግና ብዛዕባኣም ትንቢት ኃኸናገሩ ጥራይ ኣደሮም ንብል ኣሎና። ቃል ግና ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ተዋሓደ፣ ካብ ባህርይ ዳዊት ካብ ዝተረኽበት ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ዝወሰዶ ምስ ሥጋኡ ብባህርየ ጐይታነቱ ጸኒዑ ዝነብር ወልደ እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ካብኣ ተወልደ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝበሎ ውን ሰብ ኮነ። ሮሜ 1፡3።
፵ ዝውእቱ ዘነገረነ አብ በእንቲአሁ በውስተ ዮርዳኖስ ወበውስተ ደብር እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ዘቦቱ ሠመርኩ። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯። ፲፯፡፩-፭። ኢሳ ፵፪፡፩-፬። ፪ጴጥ ፩፡፲፯-፲፰። ፩ዮሐ ፭፡፱-፲፫።	40 ንመሥዋዕትነት ዝመረጽክዎ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ፣ ኢሉ ኣብ ዮርዳኖስን ደብረ ታቦርን ብዛዕባኡ ኣብ ዝነገረና እዚ እዩ ። ማቴ 3፡13-17። 17፡1-6። ኢሳ 42፡1-4። 2ይ ጴጥ 1፡16-18። 1ይ ዮሓ 5፡9-13።
፵፩ ዝንቱ ውእቱ ዘክሕድዎ አርዮሳውያን ወንሕነሰ ነአምን ቦቱ በአእምሮ ንሰግድ ሎቱ ወኢንፈልጦ ለወልድ እምቃል ከመ ካልእ ውእቱ ወባሕቱ ንብል እስመ ቃል ውእቱ ወልድ	41 ኣርዮሳውያን ዝኸሓድዎ እዚ እዩ። ንሕና ግና ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ብምፍላጥ ኣሚንና ንሰግደሉ ኣሎና። ንወልድ ከም ካልእ ጌርና ካብ ቃል ኣይንፈልዮን ኢና። ወልድ ኮሉ

ዘአትናቴዎስ ም.፴፩	ዘአትናቴዎስ ም.31
ዘቦቱ ኮሉ ኮነ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ዕብ ፩፡፩-፬	ዝተፈጥረሉ ቃል ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና እምበር። ዮሓ 1፡1-4።ዕብ 1፡1-4
፴፪ ወንሕነሰ አግአዝያን ንሕነ እምዝንቱ ኮሉ ክሕደት ወናነክር እፎመ ኮነ ዝንቱ ሁከት ወተቃውሞ ማዕከሌክሙ ወዳእሙ ነአኮቶ ለእግዚአብሔር ዘኢያጎዘነነ ለግሙራ።	42 ንሕና ግና ካብዚ ኮሉ ክሕደት ናፃ ኢና፡ ኣብ ጉባኤኹምሲ እዚ ጸብኢ ክርክር ከመይ ኢሉ ተገብረ፡ ኢልና ንድነቕ ኣሎና፡ ግና ፈጺሙ ንዘየጎዘነና ንእግዚኣብሔር ነመስግኖ ኣሎና።
፴፫ ወበከመ ተከዘነ ሶበ አንበብነ መልእክተከ ከማሁ ተፈሣሕነ ሶበ አንበብነ ፍጻሜሁ ።	43 ከምቲ መልእኽትኻ ምስ ኣንበብና ዝጎዘንናዮ ከምኡ ውን ፍጻሜኡ ተመልኪትና ተሓጐስና።
፴፬ ወሶበ ሰማዕነ ዘይብል ከመ እሙንቱ ተሰነዓዉ በበይናቲሆሙ ወሠምረ አልባቢሆሙ በሃይማኖት ርትዕት ወዝንቱ አሥመሮ ለልብየ እጽሓፍ ለከ ጎዳጠ።	44 ነንሓድሕዶም ሓደ ከምዝኾኑ፡ ልቦም ውን በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ከምዝተረድኣ ንዝተነግረ ምስ ሰማዕና ጒደት ኽሽጽሕፈልካ እዚ ንልበይ ደስ ኣበሎ።
፴፭ ወተዐቀብኩ በሕሊናየ እምነ ሕዝብ ብዙኀ ጊዜያተ እንዘ እብል ቦኑ ለእመ አርመምኩ አነ ይረክቦሙ ኀዘን ለኮሎሙ እለ አገበሩነ ንትፈሣሕ በተሰናዕዎቶሙ በሃይማኖት ርትዕት።	45 ካብ ሕዝቢ ዝተላዕለ ብዙኀ ኣይጽሕፍን እየ ብምባል ብዙኀ ጊዜ ተኸልከልኩ። እዚ ኽኣ ኣነ ካብ ምጽሓፍ ስቕ እንተ በልኩ፡ ኮሎም እቶም በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ብምሕባሮም ከም እንሕጐስ ዝገበሩና ብሓቂ ኃዘን ዶ ይረኽቦም ይኸውን፡ ብምባል እየ።
፴፮ እምይእዜሰ አነ እፈትሕ ፍትሐከ ዘቀዲሙ እምእግዚአብሔር ወዓዲ አነ አሌዕል ኮሎሙ እለ ይሰምዕዎ ለዝንቱ ወይትዌከፍዎ በሥነ ርትዕ።	46 ሕጂ ግና ካብ እግዚአብሔር ረኺብካ ብዝፈረድካዮ ፍርድኻ ኣነ ውን እፈርድ ኣሎኹ፡ ከምኡ ውን ነዚ ሰሚያም ብጽቡቕን ቅንዕናን ንዝቕበሉ ኮሎም ኣነ ኣኽብሮም ኣሎኹ።
፴፯ ወእመቦ እምውስቴቶሙ ዘኢይበጽሕ ኀበ ኂሩት በኢያእምሮ ለሊክሙ አንሥእዎ ወአጽንዕዎ ወዜንዉነ በእንቲአሁ ። ሮሜ ፲፬፡፩-፬።	47 ካብኣም ወገን ውን ብዘይ ፍላጥ ዘይኣመነ ሰብ እንተሎ፡ ንሸኻትኩም ምኽርዎን ምሃርዎን ናቱ ነገር ውን ንገሩና። ሮሜ 14፡1-4።
፴፰ ንሕነሰ ኢጸሐፍነ ዘንተ ፍጹመ ዘከመ ዕበየ ድልወትክሙ እስመ ንሕነሰ ኢኮነ ማእምራነ ዳእሙ ሥረዩ ለነ በእንተ ድካመ ንባብነ ።ገላ ፬፡፲፪-፲፫።	48 ንሕና ግና ኑቲ ዕብየትኩም ከምዝግባእ ጌርና ነዚ ፈጺምና ኣይጸሓፍናን፡ ከመይ ንሕና ፈላጣት ኣይኮንናን፡ እኳ ደኣ ስለቲ ጉድለት ኣእምሮና ይቕረ በሉልና። ገላ 4፡12-13።
፴፱ ወስብሐት ለእግዚአብሔር አብ ወለወልዱ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ወለመንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን። ❖ ❖ ❖	49 ንእግዚአብሔር አብ፡ ንሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምኡ ውን ንዘንጽሕን ዘጽንዕን መንፈስ ቅዱስ ክብርን ምስጋናን ይግባእ፡ ሎምን ንኮሉ ሳዕን ንዘለዓለም ኣሜን። ❖ ❖ ❖

ዘባስልዮስ ም. ፴፪	ዘባስልዮስ ም. 32
ምዕራፍ ፴፪ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 32 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ባስልዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቂሳርያ ዘቀጶዶቅያ በውስተ ድርሳኑ ዘጸሐፈ ኀበ አውናምዮስ።	1 ናይ ቀጶዶቅያ ክፍሊ ዝኾነት ናይ ቂሳርያ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ባስልዮስ ናብ ኣውናምዮስ ጽሒፉ ኣብ ዝሰደዶ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፪ አንሰ እብል እስመ ዘተብህለ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውእቱ አምሳለ እግዚአብሔር ይተረጐም ከመ ውእቱ እምህላዌ መለኮቱ ለእግዚአብሔር አቡሁ በዕበየ መለኮት ወበሥነ ኂሩት በፍጹም ገጽ ወበመልክዕ።	2 ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር ይመስል ተባሂሉ ዝተዘርበ፡- ካብ እግዚኣብሔር ካብ ባህርየ መለኮቱ ከምዝተረኽበ፡ ብኽብሪ ኣምላኽነ ትን ብሥራሕ ለውሃትን ብፍጹም መልክዕ ብፍጹም ገጽ ንኣቦኡ ንእግዚኣብሔር ይመስል ተባሂሉ ከምዝተተርጐመ ኣነ እነግር ኣለኹ።
፫ ወዘሂ ተብህለ ከመ ውእቱ ለብሰ አምሳለ ገብር ወዝንቱሂ ይተረጐም ከመ እግዚእ ኀደረ ውስተ ህላዌ ሰብእ ወይቤ ከመዝ እስመ አርአያ ገጹ ለእግዚአብሔር ውእቱ ወናሁ ተአመነ በአካለ ህላዌ መለኮቱ ለወልድ ዘከመ አካለ ህላዌ መለኮቶሙ ለአብ ወለመንፈስ ቅዱስ። ፊል ፪፡፩-፰። ቈላ ፪፡፱ ። ዕብ ፩፡፩-፫። ዮሐ ፲፬፡፰-፲።	3 መልክዕ ግዙእ ከምዝለበሰ ዝተነግረ ውን፡ እግዚኣብሔር ባህርየ ሰብ ተዋሓደ ተባሂሉ ይትርጐም። ከምዚ ዝበለ ንሱ ንእግዚኣብሔር **ኣብ** ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻሸሎ እዩ።ናይ ወልድ መለኮት ባህርይ ኣካል ከም ናይ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን መለኮት ባህርይ ኣካል ከምዝኾነ እንሆ ኣመንና። ፊል 2፡5-8። ቈላ 2፡9። ዕብ 1፡1-3። ዮሓ 14፡8-10።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ በውስተ መልእክቱ ኀበ አንቅሎሲስ።	4 ዳግማይ እዚ ቅዱስ ናብ ኣንቅሎሲስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፭ ይደልወነ ናእምር ኀብረተ ተዋሕዶተ መለኮት ዘቮቱ አካላት ወናስተዋሕድ በአኀብሮ ዘዚአሆሙ ፩ደ መለኮተ።	5 ናይ ሠለስተ ኣካላት፡ መለኮት ፍጹም ሓድነት ክንፈልጥ ይግባእ። ናቶም ንዝኾነ ሓደ መለኮት ሓደ ብምግባር ነዋሕዶ።
፮ ነአምን በሃይማኖት ከመ ይትወሐድ መለኮት በአብ እስመ እምአብ ተወልደ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስሂ ወፅአ እምኔሁ እንዘ ኢይቀድም ፩ዱ እምካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ ወበልደተ ወልድ ወበፀአተ መንፈስ ቅዱስ እምአብ ይትወሐድ መለኮተ ሥላሴሁ ለአምላክነ።	6 ብኣብ ወላዲነትን ኣሥራዊነትን መለኮት ሓደ ዝኾነ ሃይማኖት ንእመን። ከመይ ወልድ ካብ አብ ተወሊዱ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ አብ ተረኺቡ እዩ። አብ ካብ ወልድ ወልድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ከይቀደመ፡ ወልድ ካብ አብ ብምውላዱ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ አብ ብምሥራፁ ናይ ፈጣሪና ሠለስትነት መለኮት ሓደ ይኸውን።
፯ ወከመዝ ንእመን ተዋሕዶተ መለኮቱ ለእግዚአብሔር አምላክነ ወትሥልስተ አካላቲሁ በፍጹም ገጻት ወመልክዓት።	7 ናይ ፈጣሪና እግዚኣብሔር ናይ ባህርዩ ሓድነትን፡ ብፍጹም ገጽ ብፍጹም መልክዕ ናይ ኣካሉ ሠለስትነትን ከምዚ ጌርና ንእመን።

ዘባስልዮስ ም. ፴፪	ዘባስልዮስ ም. 32
፰ ወከመዝ ንበል ነአምን በእግዚአብሔር አብ ወዓዲ ነአምን በእግዚአብሔር ወልድ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ወከመዝ ንሜልስ ባህለ ነአምን በመንፈስ ቅዱስ ወንለቡ ፀአቶ እምአብ ወንበል ነአምን በእግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ከመ ይኩን ኵሉ በሃይማኖት ርትዕት።	8 መጀመርታ ብእግዚአብሔር አብ ንኣምን ንበል። ካልኣይ ከኣ ንእግዚአብሔር ባህርይ ወዱ ብዝኾነ ቀዳማይን ዳጎራዋይን ዘይብሉ ብእግዚአብሔር ወልድ ንኣምን ንበል። ካብ አብ ከም ዝተረኽበ ፈሊጥና ብመንፈስ ቅዱስ ውን ንእመን፡ ማለት ሣልሳይ ጌርና ብእግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን ንበል። ከመይ ኮሉ ሰብ በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒዑ ኀኽነብር።
፱ ወበዝንቱ ሃይማኖተ ሥላሴ ናእምር ወንለቡ ፍልጠተ አካላት በበገጸሙ ወበበመልክያሙ።	9 በዚ ብሠለስቲኦም ኣሚንና ብምጽናዕ፡ ኣካላት በብገጾምን በብመልክየምን ፍሉያት ምኻኖም ፈጺምና ንፍለጥ።
፲ ወንእመን በእሉ አስማት ዘተጠመቅነ ቦሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘከመ አዘዘነ ቃል ሥግው እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ። ማቴ ፳፰፡፲፱-፳። ፩፡ዮሐ ፭፡፩-፲፫	10 በዞም ዝኾበርናሎም(ዝተጠመቕናሎም) ኣስማት ብአብ፡ ብወልድ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ንእመን። ሰብ ዝኾነ ቃል ጐይታና ኢየሱስ ከምዝኣዘዘና። ማቴ 28፡19-20። 1ይ ዮሓ 5፡1-13።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፲፩ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ባስልዮስ እንዘ ይተረጉም ቃሎ ለሰሎሞን ዘይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ቀዳሜ ግብሩ።	11 እዚ ቅዱስ ባስልዮስ፡ ነቲ ቅድሚ ፍጥረቱ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ዝብል ቃል ሰሎሞን ክትርጉም ከሎ ከምዚ በለ።
፲፪ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ እግዚእ ቃለ እግዚአብሔር አብ ዘይብል አነ ውእቱ ፍኖተ ጽድቅ ወሕይወት ወአልቦ ዘይመጽእ መኑሂ ኀበ አብ ዘእንበለ ብየ ወዓዲመ ለሊሁ ይቤ በአፈ ነቢይ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ወረሰየኒ መቅድመ ተግባሩ ። ምሳ ፰፡፳፪	12 መንገዲ ጽድቅን ሕይወትን ኣነ እየ፡ ብዘይ ብኣይ ናብ አብ ዝመጽእ ማንም የልቦን በለ። እዚ ቃል እግዚአብሔር አብ ሓደ ገዛኢ እዩ። ዳግማይ ውን ንሱ ብቃል ነቢይ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ንፍጥረቱ ውን ቀዳማይ ገበረኒ በለ። ምሳ 8፡22።
፲፫ ይብል ዘንተ በእንተ ልደቱ በሥጋ ከመ ውእቱ ፍጡር ወግቡር በከመ ጽሑፍ እስመ ብእሲ ተወልደ እምእግዚአብሔር። መዝ ፹፯(፹፮)፡፭። ሉቃ ፫፡፴፰።	13 ሰብ ካብ እግዚአብሔር ተወልደ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ ሰብ ብምኻኑ ብሥጋ ስለ ዝተወልደ ነዚ ተዛረበ። መዝ 87(86)፡5። ሉቃ 3፡38።
፲፬ ወካዕበ ይቤ ወለዱ ደቂቀ ወአዋልደ ወዳዊትሂ ይብል ልበ ንጹሐ ፍጥር ሊተ እግዚኦ ወኢንሠሠ ምንተኒ	14 ከምኡ ውን ደቂ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ደቂ ወለዱ በለ፡ ዳዊት ውን ኦ ጐይታ ንጹሕ ልቢ ፍጠረለይ በለ። ንጹሕ ልቢ ጥራይ ኣጽንዓለይ በለ እምበር ካልእ

ዘባስልዮስ ም. ፴፪	ዘባስልዮስ ም. 32
ዘእንበለ ዳእሙ ንጽሐ ልብ ወዓዲ ይብል መንፈሰ ርቱዐ ሐድስ ውስተ ከርሥየ ወኢዘከረ ካልአ ፍጥረተ እለሰ ተፈጥሩ ይእዜ ሐዲሳነ እሙንቱ ሀለዉ በምግባር ርቱዕ። ዘፍ ፩፡፬። መዝ ፶፩(፶)፡፲ ።	ፍጠረለይ ኣይበለን። ከምኡ ውን ኣብ ሰብነተይ ዘሎ ቅኑዕ ኣእምሮ ሓድሰለይ በለ እምበር ካልእ ልቢ ፍጠረለይ ኣይበለን። ሎሚ ሓድሽ ኮይኖም ዝተፈጥሩ እዚኣቶም ብቅኑዕ ግብሪ ጸኒያም ይነብሩ። ዘፍጥ 5፡4። መዝ 51(50)፡10።
፲፭ ይደሉ ይትበሀል ዘንቱ ትርጓሜ በእንተ ትስብእቱ ለመድኀን እስመ ፍጡር ውእቱ ወአኮ በእንተ መለኮቱ።	15 እዚ ትርጓሜ እዚ መድኀን ቃል ሰብ ስለዝኾነ ክንገር ይግባእ፡ ከመይ ሥጋ ፍጡር ስለዝኾነ። ብዛዕባ መለኮቱ ግና ክንገር ኣይግባእን እዩ።
፲፮ ወሰሎሞንኒ ተናገረ ዘንተ በእንተ ጥበብ ዘሀለዋ ታስተርኢ በሥጋ ወለዛቲኒ ዘከራ ጳውሎስ ሐዋርያ እንዘ ይብል እስመ በጥበቡ ለእግዚአብሔር ዘኢየአምሮ ዓለም በጥበቡ ። ፩ቆሮ ፩፡፳፩ ።	16 ሰሎሞን ውን ብዛዕባ እታ ብሥጋ ክትግለጽ ዘለዋ ጥበብ ነዚ ተዛረበ። ነዚኣ ከኣ ሓዋርያ ጳውሎስ ጠቒሱ ሰብ ብዘይፈልጦ ብጥበብ እግዚኣብሔር ክብል ተዛሪቡ ኣሎ።1ይ ቆሮ 1፡21።
፲፯ እስመ ዝንቱ ነገር ዘተናገረ ሰሎሞን ውስተ ነገረ ምሳሌ ወምሳሌሂ ተዛውዖ ውእቱ ወአኮ ከመ ነገረ ትንቢት።	17 ሰሎሞን ነዚ ነገርዚ ዝተዛረቦ ኣብ ዓንቀጽ ምሳሌ እዩ እሞ ምሳሌ ውን ዝርርብ እዩ እምበር ከም ትንቢት ኣይኮነን።
፲፰ እስመ ለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር ይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ለምንትኑ ይትመለክ እንከ እስመ ብሂለ ወለደኒ ይተረጐም በወልደ እግዚአብሔር ወብሂለ ፈጠረኒ በእንተ ትስብእቱ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፭-፳፯። ምሳ ፰፡፳፪-፳፬ ።	18 ንሱ ወዲ እግዚኣብሔር ባዕሉ እግዚኣብሔር ፈጠረኒ ካብ በለ ደኣ እሞ ንምንታይ ኣምላኽ ይበሃል፡ እንተ ተባህለ ወለደኒ ማለት ወዲ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነ፡ ፈጠረኒ ማለት ውን ሰብ ስለዝኾነ ብምባል ይትርጐም። ዮሓ 1፡14, 5፡27, ምሳ 8፡22-24።
፲፱ ወኢንሬስዮ ለዝንቱ ወልድ ዋሕድ ክልኤተ ወኢንቤ ከመ መለኮት በህላዌሁ ወትስብእትሂ በህላዌሁ አላ ንቤ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል። ፩ቆሮ ፰፡፮። ፪ቆሮ ፭፡፲፱ ።	19 ነዚ ሓደ ወልድ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይንብሎን ኢና። መለኮት ብናቱ ኣካል ብናቱ ባህርይ ከምኡ ውን ትስብእት ብናቱ ኣካል ብናቱ ባህርይ ፍሉይ ከምዝኾነ ኣይንዛረብን ኢና። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ኢና ንብል እምበር። 1ይ ቆሮ 8፡6, 2ይ ቆሮ 5፡14።
፳ ወጴጥሮስኒ ኢዘከረ ክልኤተ ህላዌ አላ አምነ ወይቤ እስመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ በእንቲኣነ። ፩ጴጥ ፪፡፳፩-፳፭።	20 ጴጥሮስ ውን ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሉ ኣይተዛረበን።ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ኣሚኑ ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ በለ እምበር። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።

ዘባስልዮስ ም. ፴፪	ዘባስልዮስ ም. 32
፷፭ ወዓዲ በእንተ ልደቱ በሥጋ አብሠሮሙ መልአክ ለኖሎት እንዘ ይብል ናሁ ተወልደ ለክሙ ዮም መድኅን ዘውእቱ ክርስቶስ እግዚእ። ሉቃ ፪፡፲፩ ።	21 ዳግማይ ውን ብሥጋ ስለዝተወልደ መልኣኽ ነቶም ከብቲ ዝሕልዉ ዝነበሩ ነገሮም፡ እንሆ ሎሚ መድኃኒ ተወሊድል ኩም ኣሎ ንሱ ኽኣ ናይ ባህርይ ገዛኢ ክርስቶስ እዩ። ሉቃ 2፡11 ።
፷፮ ወብሂሎቱሂ ዮም ተወልደ አኮ ጥንተ ሀልዎቱ እስመ ህልው ውእቱ እምቅድመ ዓለም አላ ክሡተ ይተረጐም እስመ ወልድ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ተወልደ ዮም ከዊኖ ብእሴ ወካዕበ ይቤ በውስተ አብረክሲስ ዝንቱ ውእቱ ኢየሱስ ዘሰቀልዎ ። ዕብ ፲፫፡፰። ግብ ሐዋ ፲፩፡፴፮-፵ ።	22 ሎሚ ተወልደ ማለቱ ውን ነቲ ናይ ጥንቲ ምርካቡ ኣይኮነን።ከመይ ዓለም ከይተፈጥረ ነይሩ እዩ። ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ወልድ ንሱ ሰብ ኮይኑ ሎሚ ከምዝተወልደ ብግልጺ ይንገር እምበር፡ ከምኡ ውን ኣብ ግብረ ሓዋርያት ኣይሁድ ዝሰቐልዎ እዚ እዩ በለ። ዕብ 13፡8። ግብ ሓዋ 14፡36-40።
፷፯ ወበ፡ነበ ዐላውያንሰ ይትበሃል እስመ በጊዜ ልደቱ ለወልድ በሥጋ ኮነ ህላዌ ለቃል ረኪቦሙ ምክንያተ እምቃለ ሰሎሞን ዘይብል እግዚኣብሔር ፈጠረኒ ውእቱሰ ይቤ በእንተ ልደቱ በሥጋ።	23 ብመናፍቓን ግና ናይ ቃል ምርካቡ ካብ ማርያም ኣብ ዝተወልደሉ ጊዜ ከምዝኾነ ይንገር፡ ካብ ቃል ሰሎሞን እግዚኣብሔር ፈጠረኒ ዝብል ምኽንያት ረኺቦም እዮም። ሰሎሞን ግና ነቲ ዝተወልዶ ልደት እዩ ነዚ ዝተዛረበ።
፷፰ ወእመሰ ኮነ ዘከመ ንባቦሙ ከንቱ ወዘሰ ዘተብህለ ከመ ውእቱ ተወልደ ወውእቱሂ ዓዲ ተሰምየ ኢየሱስሃ ወለሊሁ ወውእቱሂ በእንተ ህላዌሁሰ ዘትካት ለቃለ እግዚኣብሔር ይቤ ዳዊት ነቢይ ይቤሎ እግዚእ ለእግዚእየ። መዝ ፻፱(፻፱)፡፩ ።	24 ከምቲ ዘረባኦም እንተገሽውንሲ፡ ከም ዝተወልደ ከምኡ ውን ኢየሱስ ከም ዝተባህለ ንሱ ከምዝተሰቐለ ዝተነግረ ኵሉ ሓሶት ምኾነ ነይሩ። ቅድሚ ዓለም ስለዝነበረ ብዛዕባ ባህርይ እግዚኣብሔር ቃል ግና ነቢይ ዳዊት ጐይታ ንጐይታይ በሎ በለ። መዝ 110(109)፡1።
፷፱ ወጳውሎስኒ ይቤ እስመ ክርስቶስ ኀይለ እግዚኣብሔር ወቃለ እግዚ አብሔር ። ፩ቆሮ ፩፡፳፬ ።	25 ጳውሎስ ውን ክርስቶስ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ፡ ቃል እግዚኣብሔር እዩ በለ። 1ይ ቆሮ 1፡24።
፸ ሙሴኒ ነቢይ ይቤ ይቤ እግዚኣብሔር ንግበር ሰብአ በአርአያነ ወበአምሳሊነ ወዓዲ ይቤ ወገብሮ እግዚኣብሔር ለአዳም ወበአምሳለ እግዚኣብሔር ገብሮ።ዘፍ ፩፡፳፮። ፪፡፯	26 ነቢይ ሙሴ ውን እግዚኣብሔር ብመልክዕናን ከም ምስልናን ሰብ ንፍጠር በለ፡ ይብል። ንኣዳም ፈጠሮ፡ ብመልክዕ እግዚኣብሔር ከኣ ፈጠሮ። ዘፍጥ 1፡26። 2፡7።
፸፩ ወዓዲ ይቤ አዳም ኮነ ከመ አሐዱ እምኔነ ወዓዲ ይቤ ወአዝነመ እግዚኣብሔር እሳተ ወተየ እምኀበ እግዚኣብሔር ወዳዊትኒ ይቤ አምጽኡ	27 ከምኡ ውን ኣዳም ከም ሓደ ካባና ኮነ በለ። ከምኡ ውን እግዚኣብሔር ካብ እግዚኣብሔርነቱ ሓዊ ኣዝነመ፡ ነቢይ ዳዊት ውን ደቂ ኣማልኽቲ

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
ለእግዚአብሔር ውሉደ አማልክት። ዘፍ ፫፡፳፪።፲፱፡፳፬።መዝ ፳፱(፳፰)፡፩።	ንእግዚአብሔር ምስጋና ኣቕረቡ በለ። ዘፍ 3፡22።19፡24። መዝ 29(28)፡1።
፳፰ ወዮሐንስኒ ወንጌላዊ ይቤ ቀዳሚሁ ቃል ውእቱ ወውእቱ ቃል ኀበ እግዚአብሔር ውእቱ ቃል።	28 ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን እቲ ቃል ብቅድምና ነበረ፡ እቲ ቃል ኣብ እግዚአብሔር አብ ህልው እዩ፡ እቲ ቃል ውን እግዚአብሔር እዩ በለ ይብል።
፳፱ ወከማሁ ቀዳሚ እምቀዲሙ ኀበ እግዚአብሔር ሀለወ ወኮሉ ቦቱ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ እምዘኮነ። ዮሐ ፩፡፩-፬ ።	29 እቲ ቃል ኣብ እግዚአብሔር አብ ህልው ከምዝኾነ ኣብ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ውን ህልው እዩ። ኮሉ ብእኡ ቃልነት ተፈጥረ ካብቲ ዝተፈጥረ ፍጥረት ውን ብዘይ ብእኡ ቃልነት ምንም ዝተፈጥረ የልቦን በለ። ዮሓ 1፡4 ።
፴ ወቶማስ ሐዋርያ ይቤሎ ለወልድ እግዚእየ ወአምላኪየ ።ዮሐ ፳፡፳-፳፱	30 ሓዋርያ ቶማስ ውን ንወልድ “ጐይታይ ፈጣሪየይ” በሎ። ዮሓ 20፡20-29።
፴፩ ወለዝንቱ ነገር ዘተናገርነ ንሕነ ይብልዎ ዐላውያን በእንተ ዓለም ወፍጡራን ወበእንተ አማልክተ ሐሰት እለ ተገብሩ በእደ እጓለ እመሕያው ወኢየአምሩ ጽድቀ።	31 ነዚ ንሕና ዝበልናዮ፡ እቶም መናፍቓን እዚ ብዛዕባ ዓለም ብዛዕባ ፍጡራን ብዛዕባ ብኢድ ዝተሠርሑ ጣዖታት ውን ዝተነግረ እዩ ይብልዎ፡ እቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ኣይፈልጡን እዮም።
፴፪ ወኢየአምኑ በአምላከ ጽድቅ አብ አኃዜ ኮሉ ወወልዱ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ወመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ።	32 ብሓቀኛ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ኃኺሉ ብዝፈጠረ ብኣብ፡ ብሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን መሕወዪ ብዝኾነ ብመንፈስ ቅዱስን ኣይኣምኑን እዮም።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፴፫ ክፍል ፬	**ምዕራፍ 33 ክፍሊ 4**
፩ ሃይማኖተ ቅዱስ ባስልዮስ ዘተናገረ በእንተ ሥሉስ ቅዱስ ።	1 ቅዱስ ባስልዮስ ብዛዕባ ሓድነትን ሥለስትነትን ዝተዛረቦ ሃይማኖት እዚ እዩ።
፪ ይቤ ሠናይ ለነ ወይደልወነ ዘበጽድቅ ዘክሮቱ ለእግዚአብሔር በኮሉ ጊዜ እስመ ኢትጸግብ እምኔሁ ነፍስ ግሙራ እንተ ታፈቅሮ ። ዘዳግ ፮፡፪-፭። መዝ ፵፪(፵፩)፡፩-፫ ።	2 ነኣና ጽቡቕ እዩ፡ ብሃይማኖትን ብምግባርን ጸኒዕና ኮሉሳዕ ንእግዚአብሔር ክንዝክር ይግብኣና፡ ከመይ ብፍጹም ንእግዚአብሔር እትፈቱ ነፍሲ ኑቲ ፍቕሩ ኣይትጸግቦን እያ። ዘዳ. 6፡2-7 መዝ 42 (41)፡1-3።
፫ ወዓዲ ተሀብሎ ውእቱ እመ ሐተትነ ዕበዮ ለእግዚአብሔር በነገር እስመ ሕሊና ይደክም ወየሐፅር እምአእምሮተ መለኮቱ ዘኢይትረከብ ወቃልሂ ኢይክል ይክሥት ዘኢክህለ ነጽሮቶ ሕሊና ።መዝ ፻፵፱(፻፵፰)፡፭።	3 ከምኡ ውን ንጐይትነት እግዚአብሔር ብነገር እንተ መርመርና ድፍረት እዩ። ነቲ ዘይምርመር ጐይትነቱ ካብ ምፍላጥ ልብና ስለዝደክም ኣይበጽሖን እዩ። ሕሊና መርሚሩ ክፈልጦ ዘይከኣሎ ውን ቃል ገሊጹ ክዛረቦ ኣይክእልን እዩ።

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
ኢሳ ፵፥፲፫-፲፬። ሮሜ ፲፩፥፴፫-፴፮። ፩ቆሮ ፪፥፲፮።	መዝ 139(138)፡6። ኢሳ 40፡13-14። ሮሜ 11፡33-35። 1ይ ቆሮ 2፡16።
፬ እስመ ይርኅቆ ለሕሊናነ አእምሮተ ምግባራት ዘንኔጽሮሙ ወኢንክል ተናግሮ ዘከመ ድልወቶሙ እፎኑመ ንትህበል ለተናግሮ ዘኢነአምር።	4 ነዞም ንርእዮም ፍጡራን መርሚርና ምፍላጥ ንልብና ዝርኅቆ ካብ ኮነ ደኣ ከምዝግብኦም ኀኽንዛረብ ከመይ ኢልና ክንደፍር፡
፭ ወናሁ ይእዜ አርመምነ ከመ ኢንትህበል በነገር ወሕፀተ ነገርነሂ ሶበ ንዜክሮ ለእግዚአብሔር ይከውን ላዕሌነ ደይነ ወኮነኔ ወጻሕቀ ዘክሮቱሰ ለእግዚአብሔር ይትረከብ በኀበ ማእምራን እለ ያፈቅሩ ስብሐቶ።	5 ብነገር ምእንቲ ከይንደፍር ከምዚ እዩ ካብ ምባል እንሆ ሎሚ ተኸልከልና፡ ብጉድለት ነገርና ንእግዚአብሔር ምስ እንዝክሮ መፍረዲ ይኹነና፡ ኵሉ ሳዕ ንእግዚአብሔር ምሕሳብን ምፍታውን ዝርከብ ኣብቶም ንእኡ ከመስግኑ ዝፈትዉ ፈላጣት እዩ።
፮ ወዳእሙ ቦ ዘይፈደፍድ ፩ዱ ላዕለ ካልኡ በአውትሮ ወበጻሕቅ በምግባር መንፈሳዊ ወአልቦ መኑሂ ዘይደክም እምዘያስሕት ርእሶ ከመ ውእቱ በጽሐ ኀበ አእምሮተ እግዚአብሔር ዘከመ ድልወተ አእምሮቱ ። መዝ ፴፮(፴፭)፡ ፩-፬። ዕብ ፫፡፲፪። ገላ ፮፡፬ ።	6 ግና ኵሉ ሳዕ ብምሕሳብ፡ ብመንፈሳዊ ሥራሕ ብምትጋህ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ዝበልጽ ኣሎ። ምፍላጥ ዝግብኡ ከም ምኻኑ፡ ንእግዚአብሔር ናብ ምፍላጥ ከም ዝበጽሐ ገሩ ርእሱ ካብ ዘስሕት ዝኸፍእ ድኻም የልቦን። መዝ 36(35)1-4። ዕብ 3፡12። ገላ 6፡4።
፯ ወሶበሰ ይሌቡ ነገርየ የአምር ድካሞ ወሕፀቶ እምዝንቱ ጥቀ።	7 ዝበልክዎ እንተዝፈልጥሲ፡ ካብ መርሚርካ ምፍላጥ ኑቲ ድኻሙን ጕድለቱን ፈጺሙ ይፈልጥ።
፰ ወከማሁ አብርሃም ወሙሴ በዝንቱ አምሳል አሚሃ በውእቱ መዋዕል ሶበ ክህሉ ነጽሮቶ ለእግዚአብሔር በአምሳል ዘኢይክል ሰብእ ይርአዮ አሚሃ አእመረ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ እስመ ውእቱ ይደክም እምአእምሮቱ።	8 ከምኡ ውን በቲ ጊዜ'ቲ ኣብርሃምን ሙሴን ሰብ ክርእዮ ዘይከኣሎ ኣምሳል እግዚአብሔር ምርኣይን ምፍላጥን እኳ እንተተኻእሎም ሽዑ ነፍሲ ወከፍ ካብቲ ምፍላጥ ኑቲ ድኻሙ ፈለጠ።
፱ አብርሃምሰ ሰመየ ርእሶ መሬተ ወሐመደ ወከማሁ ሙሴሂ ይቤ ላእላኣ ልሳን አነ ወኢይክል ተናግሮ አእሚሮ ዕበየ ዘርእየ ወኢይትከሃል ፈክሮቱ። ዘፀአ ፬፡፲። ዕብ ፲፪፡፳፩። ግብ ሐዋ ፯፡፩ ።	9 ኣብርሃም ውን ርእሱ ነቒፉ ሓመድ እየ በለ። ኑቲ ክምርመር ዘይከኣል ዝረኣይዎ ጕይትኑቱ ፈሊጡ ሙሴ ውን ኣነ ዓባስ እየ ክዛረብ ኣይክእልን እየ በለ። ዘፀአ 4፡10። ዕብ 12፡21። ግብ ሓዋ 7፡1።
፲ ወይእዜሰ ኮሉ ዕዝን ርኅው ይሰምዕ ቃለ እግዚአብሔር ወኢይጸግብ እምነ ሰሚዕ በከመ ይቤ ሰሎሞን ጠቢብ እስመ ኢይጸግብ እዝን እምሰሚዕ ወዓይን እምርእይ። መክ ፩፡፰ ።	10 ሎሚ ግና ኵሉ ፈላጥ ሰብ ኑቲ ነገረ እግዚአብሔር ይሰምዕ፡ ንምስማዑ ውን ኣይህክን። እቲ ፈላጥ ሰሎሞን፡ እዝኒ ካብ ምስማዕ ዓይኒ ውን ካብ ምርኣይ ኣይስልክን እዩ ክብል ከምዝተዛረቦ። መክ 1፡8።

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
፲፭ ወይእዜሰ ይደልወነ ንክሥት ለክሙ አእምሮተ እግዚአብሔር ዘከመ ድካመ ክሂሎትነ እስመ ውእቱ ይትሌዐል እምኵሉ አምሳላት።	11 ሕጂ ድማ ከም መጠን ድኻም ኣእምሮና ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ጕይትነቱ ምፍላጥ ክንነግረኩም ይግብኣና እዩ፡ ከመይ ካብ ኵሉ ምሳሌታት ዝረታኾ እዩ።
፲፪ ቦኑ ይትከሀለነ ንጠይቅ ስፍሐ ሰማይ ወዕመቀ ቀላይ እመሰ ኢንክል ንጠይቅ ጎዳጠ እምፍጡራን እፎመ ይትከሀለነ ንብጻሕ ኀበ አእምሮተ እግዚአብሔር ። ሲራ ፩፡፪ ።	12 ቀጕመት ሰማይን ዕምቈት ውቅያኖስን ምፍላጥን ምርዳእን ይከኣለና ድዩ፡ እሞ ቁሩብ ካብ ፍጡራን መርሚርና ምፍላጥ ካብ ዘይከኣለና ደኣ ንእግዚኣብሔር መርሚርና ንምፍላጥ ከመይ ኢሉ ይከኣለና፡ ሲራ 1፡2።
፲፫ ወይእዜኒ ናሕጽር ነገረ ወንፈጽም ዘንተ ክፍለ ወንጎድግ ኵሎ አእምሮ ለእግዚአብሔር ዘይመውዕ ኵሎ ግብራተ።	13 ሕጅ ግና ነገሩ ኣሕዊርና ነዚ ክፍሊ'ዚ ንፈጽም። ንኵሉ ዘይምርመር ፍጥረት ንፍልጠት እግዚኣብሔር ንጎደገሉ።
፲፬ እስመ እመ ተጋብኡ ኀቡረ ኵሎሙ መላእክት ወሊቃነ መላእክት በበዘመዶሙ ወበበሥርዓቶሙ ዘምስለ ኵሎሙ ፍጡራን አሐተኔ ኢይክሉ ይርክቡ ጎዳጠ እምአእምሮተ ህላዌሁ ለእግዚአብሔር ።	14 ኵሎም መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን በብወገኖምን በብነገዶምን በብመዓርጎምን ምስ ኵሎም ፍጡራን ሓደ ወገን ኮይኖም ኣብ ሓደ እንተ ዝእከቡ፡ ቁሩብ ካብ ባህርይ እግዚኣብሔር ምፍላጥ ክረኽቡ ኣይክእሉን እዮም።
፲፭ እመሰ ለሊከ ፈቀድከ ንክሥት ለከ አእምሮተ እግዚአብሔር አው ለርእስከ ግድፍ እምኔከ ግብረ ዘሥጋ ወደም።	15 ንምፍላጥ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኻኽንገልጸልካ፡ ንሰኻ ውን ርእሰኻ ኽትምርምር እንተደሊኻ፡ ኵሉ ሥጋዊን ደማዊን ግብሪ ካብኻ ኣርጎቕ።
፲፮ ወረጎቅ እምነ ምድር ወተለዓል እምነ ባሕር ወዕርግ መልዕልተ አየር አእምር ውላጤ ሰዓታት ፍጡነ ወሠርጐ ከዋክብት ወጎድግ ኵሎ ፍጡራነ እለ ውስተ ምድር።	16 ካብ ምድራዊ ሥራሕ ረታኾ፡ ካብ ዓለ ማዊ ሥራሕ ተፈለ፡ ሰማያዊ ነገር ሕሰብ። ናይ ሰዓታትን ከዋኽብትን ብርሃን ቀልጢፉ ምልዋጡ ፍለጥ፡ ኣብ ምድሪ ዘለዉ ኵሎም ፍጡራን ውን ግደፍ።
፲፯ ወጠይቅ ሥርዐተ ፀሐይ ወወርኀ ወከዋክብት ወኵሎ መንክር ዘየዐውዶሙ ወሥኖሙ ዘይኤድም እምኵሉ ።	17 ሥራሕ ፀሓይን ወርኀን ከዋኽብትን ፍለጥ፡ ካብ ኵሉ ዘደንቕ ክበቦምን ካብ ኵሉ ዝበልጽ ብርሃኖምን ኵሉ ፍለጥ።
፲፰ ወኵሎ ሥርዓተ አምሳል ዘላዕሌሆሙ በበዘመዶሙ ዘያጽደለድሉ ወያንሰሐስሑ ወዘከመ እፎ ይትቃረቡ በበይናቲሆሙ በኵሉ ጊዜ ወዓዲ ዘከመ እፎ ይትረኀቁ።	18 በብወገኖም ዘብርሁን ዝመላለሱን ናታቶም ናይ ምሳሌኦም ሥራሕ ፍላጥ። ኵሉ ሳዕ ነንሓድሕዶም ከመይ ኢሎም ከምዝቀራረቡ ከምኡ ውን ከመይ ኢሎም ከምዝረታኾቑ ፍለጥ።
፲፱ ወለእመ ጠየቀ ዘንተ ኵሎ በነገር ወተለዐልከ ውስተ ሰማያት አሜሃ ነጽር በሕሊናከ ባሕቲቱ ኀበ ሥን ዘሀሎ ውስተ ውእቱ መካን	19 ነዚ ኵሉ መርሚርካ ድኅሪ ምርዳእካ፡ ኣብ ሰማይ ንዘሎ ምምርማር እንተ ተኻኢሉካ፡ ብልተኻ ጥራይ ኣብቲ ምስ መንፈሳውያን ሠራዊት፡ ሰማያውያን መላእኽቲ፡ ሊቃነ መላእኽቲ፡ መናብርትን ሥልጣናትን፡ አጋእዝትን

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
እምነ ሠራዊት መንፈሳውያን ወመዓርገ ሰማያውያን መላእክት ወሊቃነ መላእክት መናብርት ወሥልጣናት አጋእዝት ወኃይላት ወሊቃናት ወመኳንንት።	ኃይላትን ሊቃናትን መኳንንትን ካብ መዓርግ ዝተላዕለ ኣብዚ ቦታ ዘሎ ብርሃን ኣስተውዕል።
፳ ወእምድኅረዝ ሶበ ኀለፍከ እሎንተ ኵሎ ፍጡራነ ወክህለ ሕሊናከ ይትለዐል እሎንተ ወአልዐልከ አዕይንተ ሕሊናከ ውስተ አርያም ኀበ መንበር ነባቢ ዘይትሌዐል እምኵሉሙ ፍጡራን ነጽር በልብ ንጹሕ ለባዊ ኀበ ህላዌ መለኮት ዘኢይትፋለስ ወዘኢይትዌለጥ ወዘኢይትመየጥ ወዘኢይደከም ወዘኢየሕምም። መዝ ፻፴፱(፻፴፰)፡፮-፲፩። ማቴ ፭፡፯። ፪ቆሮ ፲፪፡፩-፭። ራእ ዮሐ ፬፡፩-፱ ።	20 ብድኅር'ዚ ነዞም ኵሎም ፍጡራን ኃሊፍካ እንተኸድካ ልብኻ ውን ነዚኦም ምጎላፍ እንተ ተኻኢልዎ፣ ነቲ ልዕሊ ኵሎም ፍጡራን ዘሎ ኪሩብ ናብ ዘለዎ ናብ ኣርያም ዓይኒ ልቡናኻ ኣቕኒዕካ እንተ ረኣኻ፣ ነቲ ዘይሓምምን ዘይደክምን ፈጺሙ ምልዋጥ ዘይብሉን ባህርየ መለኮት ብፈላጥ ንጹሕ ልቦና ኣስተውዕል መዝ 139(138)፡6-14። ማቴ 5፡7። 2ይ ቆሮ 12፡1-5። ራእ ዮሓ 4፡1-19።
፳፩ አሐዱ በህላዌ ዘኢየኀብር በአካላት ወዘኢይትፈለጥ በመለኮት ብርሃን ዘአልቦ ዘይቀርቦ ኀይል ዘኢይተረከብ ዕበይ ዘኢይትዐወቅ መጠኑ ፍድፋደ ስብሐት ዘያነፀበርቅ በሥኑ ምሕረት ዘምሉዕ እምኵሉ ሥን።	21 ብባህርይ ሓደ፣ ብኣካል ግና ሠለስተ ዝኾነ ብመለኮት ዘይፍለ፣ ዝቕርቦ ዘይብሉ ብርሃን፣ ዘይምርመር ኃይሊ፣ ልክዑ ዘይፍለጥ ዕብየት፣ ጐይትነቱ ዝበዝኀ፣ ብብርሃኑ ዘንጸባርቕ፣ ፍጹም ፍቕሪ ዝመልኣ ምሕረት።
፳፪ ላህይ ዘኢይትነገር ወዘኢይትረከብ ዘይበውእ ውስተ ነፍሳተ ኄራት ወየኀድር ላዕሌሆሙ ዘከመ ዕበየ አፍቅሮቶሙ ለዙቱ ወዘኢይትከህል ይትነገር በንባብ ዕበዩ ወመጠኑ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	22 ለውሃቱ ዘይንገር፣ ዘይምርመር ባህርይ፣ ንእኡ ከም መጠን ብዝኀ ፍቕሮም ኣብ ንጹሓን ምእመናን ኃዲሩ ዝነብር፣ ክብሩን መጠኑን ብቓል ክንገር ዘይክኣል፣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዩ።
፳፫ ህላዌ ዘኢተፈጥረ ክቡረ ልዕልና ወምልክና ዘምስለ ምሕረት ወሣህል አብ ቀዳሜ ኵሉ ወገባሬ ኵሉ።	23 ዘይተፈጥረ ባህርይ፣ ምስ ምሕረትን ይቕሬታን ብልዕልናን ብኣምላኽነትን ክቡር ዝኾነ፣ ኣቕዲሙ ዝነበረ ኻኦሉ ዝፈጠረ **አብ** እዩ።
፳፬ ዘሀሎ ወይሄሉ ጥንተ ኵሎሙ ሕያዋን ዘእምኔሁ ውኅዘ ነቅዐ ሕይወት ዘውእቱ ጥበብ ወኀይል ወልድ ዘተወልደ እምአብ።	24 ቅድሚ ዓለም ዝነበረን ዓለም ኣኀሊፉ ዝነብርን ናይ ኵሎም ሕያዋን መርከቢ፣ ምንጪ ሕይወት ካብኡ ዝርከብ ካብ አብ ዝተወልደ ኃይሊ ጥበብ ዝኾነ ወልድ እዩ።
፳፭ አምሳለ እግዚአብሔር ዘኢያስተርኢ ወዘኢይትዌለጥ ቃል ሕያው እግዚአብሔር ዘእምእግዚአብሔር ዘሀሎ	25 ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝመዓራረዮ፣ ዘይረአ፣ ምልዋጥ ዘይብሉ ሕያው ቃል፣ ካብ ኣምላኽ ዝተረኽበ

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
ምስሌሁ ወኢኮነ እምድኅሬሁ ዘሀሎ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወኢኮነ ድኅረ አላ ውእቱ ቀዳማዊ ወልድ ገባሪ ዘኢተገብረ ውእቱ ፈጣሪ ዘኢተፈጥረ ዘቦቱ ኵሉ ዘአቡሁ።	አምላኽ ምስኡ ዝነበረ፣ ብድኅሪኡ ዘይተረኽበ፣ ቅድሚ ኵሉ ዓለም ዝነበረ፣ ኣቐዲሙ ዝነበረ እዩምበር ድኺሩ ኣይተረኽበን፣ ኵሉ ገንዘብ ኣቦኡ ገንዘቡ ዝኾነ ወልድ ግቡር ዘይኮነ ገባሪ፣ ፍጡር ዘይኮነ ፈጣሪ እዩ።
፳፮ ዕቀብ ሊተ እሎንተ አካላተ በህላዌሆሙ በተዋሕዶ ወፅዱ ፅዱ እምኔሆሙ በፍጹም ህላዌ አካሎሙ።	26 ነዞም ኣካላት፣ ብባህሪኦም ብተዋሕዶ ከም ዘለዉ ፍለጡለይ። ካብኦም ነፍስ ወከፎም ብፍጹም ባህርየ ኣካሎም ዝጸንዑ እዮም።
፳፯ ወቦቱ ለወልድ ኵሉ ዘአቡሁ በከመ ይቤ ለሊሁ በአፉሁ ጻድቅ እስመ ኵሉ ዘአቡየ ዚአየ ውእቱ ። ዮሐ ፲፮፣፲፭	27 ንኣቦኡ ዝኾነ ኵሉ ንወልድ ገንዘቡ እዩ። ንሱ ባዕሉ እቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ኵሉ ናተይ እዩ ክብል ብሓቀኛ ቃሉ ከም ዝተናገረ። ዮሓ 16፡15።
፳፰ ወኵሉ አምሳል ዘተናገርነ በእንተ አብ ለወልድኒ ቦቱ እስመ አምሳሊሁ ውእቱ ይቤ ዮሐንስ ወንጌላዊ ርኢነ ስብሐቲሁ ከመ ስብሐተ ወልድ ዋሕድ ለአቡሁ። ዮሐ ፩፣፲፬	28 ኵሉ ብዛዕባ **አብ** ዝተዛረብናዮ ንወልድ ገንዘቡ እዩ። ከመይ ብመልክዕ ይመስሎ ብባህርይ ውን ስለ ዝተሻነሎ። ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን ክብረቱ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ዝኾነ ርኤና በለ። ዮሓ 1፡14።
፳፱ ወበዝንቱ ይትዐወቅ እስመ ኢተውህቦ ዝንቱ ስብሐት በጸጋ ወኢበሀብት አላ በተዋሕዶ ፅዱ ህላዌ ዘመለኮት እስመ ለወልድ ቦ ልዕልና ስብሐት ዘአቡሁ። ዮሐ ፭፣፲፯-፳፱። ፊልጵ ፪፡፭-፰።	29 እዚ ክብሪ እዚ ውን ብጸጋ ወይ ብጎድረት ከምዘይተዋህቦ በዚ ይፍለጥ። ብተዋሕዶ ሓደ ባህርየ መለኮት ደኣ እዩ እምበር። ከመይ ንወልድ እቲ ናይ ኣቦኡ ልዑል ጐይትነት ናቱ እዩ። ዮሓ 5፡16-29። ፊልጵ 2፡5-8።
፴ እስመ በሀብት ይነሥኡ እምሉዓሌ ኵሎሙ ፍጡራን ልዕልና ወለወልድሰ ቦቱ ኵሉ ዘተናገርነ በእንተ ስብሐተ ህላዌ አብ ዘበድልወት።	30 ኵሎም ፍጡራን ካብ ልዑል ባህርዩ ብዝወሃቦም ልዕልና ይረኽቡ። ንወልድ ግና ኵሉ እቲ ብዛዕባ ክብሪ ባህርየ **አብ** ዝበልናዮ ብዝግባእ ዝኾነ ገንዘቡ እዩ።
፴፩ ዝንቱ ውእቱ ዘተወልደ እምአብ እስመ ወልድ ዋሕድ ጎቡረ ህላዌ በመለኮት ውእቱ ወቦቱ ኵሉ ዘአቡሁ እስመ ወልድ ዋሕድ ውእቱ ወኵሉ ቦቱ ኮነ ወአልቦ ዘይትከፈል ምንትኒ ማዕከሌሁ ወማዕከለ አቡሁ።	31 ካብ **አብ** ዝተወልደ ንሱ እዩ። ከመይ ወልድ ዋሕድ ብመለኮቱ ሓደ ባህርይ እዩ እሞ ናይ ኣቦኡ ዝኾነ ኵሉ ናቱ እዩ። ከመይ ቀዳማይን ተኻታላይን ዘይብሉ እዩ፣ ኵሉ ውን ብእኡ ተፈጥረ፣ ኣብ መንጎ ኣቦኡን ኣብ መንጎኡን ምንም ዝፈልዮም የልቦን።
፴፪ ወዝንቱ ስም ዘውእቱ ወልድ ያጤይቅ ጎብረተ ህላዌሆሙ እስመ ወልዱ ውእቱ ዘተወልደ እምኔሁ ኢኮነ ፍጡረ ወኢተፈጥረ በትእዛዝ	32 እዚ ድማ ወልድ ምባል እዩ። እዚ ስም እዚ ናይ ባህሪኡም ሓድነት የረድእ። ከመይ ካብኡ ዝተወልደ ናይ ባህርይ

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
አላ ሠረቀ ክሡተ እመለኮተ አብ ዘእንበለ ጥንት ወዘእንበለ ፍልጠት እንዘ ይትወሐድ ምስለ አብ።	ወዱ እዩ። ፍጡር ኣይኮነን ለይኩን ብዝበለሎ ትእዛዝ ውን ኣይተፈጥረን። ከይቀደሞን ምፍላይ ዘይብሉ ከሎን ምስ አብ ብሓድነት ከሎ ብጕልሕን ብግልጽን ካብ ባህርይ አብ ተረኽበ ደኣ እምበር።
፴፫ እስመ ውእቱ ይትሜሰሎ በምሕረት ወይትዔረዮ በኃይል ወበስብሐት ወበዕበይ እስመ አርአያ ገጹ ውእቱ ወቦቱ ያስተርኢ አብ ኮለንታሁ።መዝ ፬፡፮። ዮሐ ፲፡፴። ፲፬፡፯-፲።	33 ብምሕረት ይመስሎ እዩ፡ ብምፍጣር ብኽብሪ ብጕይትነት ይመዓራረዮ፡ ብባህርይ ብመልክዕ ኽኣ ይመስሎ እዩ። አብ ኮለንትናኡ ብወልድ ይፍለጥ እዩ። መዝ 4፡6። ዮሓ 10፡30። 14፡7-10።
፴፬ ወእምድኅረ ዝንቱ ኮሉ ሶበ ይብለከ እንዘ ውእቱ በሥጋ ዘፈጠሮ ለዓቱ ወሠርየ በእንተ መድኃኒተ ዓለም ወምሐሮ ኪያነ በአስተርእዮቱ በሥጋ እንዘ ይብል እስመ አነ ተፈናዊኩ ወኢይክል ገቢረ ምንትኒ እምኀቤየ ወካዕበ ይቤ እስመ ተውህበኒ ትእዛዝ በእንተ ዝንቱ ወዘይመስሎ ኢተሐሊ ታኅፃፀ ለመለኮተ ወልድ ዋሕድ። ዮሐ ፭፡፲፱-፳፯ ።	34 ድኅሪ'ዚ ኮሉ ዝተዛረብናሉ ክብሪ፡ በቲ ዓለም ንምድኃን ፈጢሩ ዝተዋሓዶ ሥጋን ስሌና ኃዚኡ ስለ'ቲ ብሥጋ ምግላጹን፡ 'ኣነ ተላኢኸ እየ፡ ካብ ርእሰይ ኣንቂዐ ሓንቲ ነገር እኳ ኽገብር ኣይክኣለንን እዩ፡ ከምኡ ድማ ትእዛዝ ተዋሂቡኒ እዩ' ኢሉ እንተተዛረበ እኳ፡ በዝን ነዚ ብዝመስልን ባህርይ ናይቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ሕፀፅ ጕድለት ኣለዎ ኣይትበል። ዮሓ 5፡19-47።
፴፭ ወኢይደሉ በእንተ ትሕትናሁ ዘመጽአ ቦቱ በእንተ ድካምነ ንረሲ ታኅፃፀ ለስብሐቲሁ ዘኢይትገመር ወዘኢይትነገር ወዳዕሙ ናእምር ህላዌሁ ዘከመ ዕበየ መለኮት። ኤፌ ፫፡፮-፲፭ ።	35 እንተኾነ ግና ቦቲ ንድኹም ባህርይና ከድኅን ናብዚ ዓለም'ዚ ዝመጸሉ ትሕትናኡ፡ እቲ ዘይምርመርን ዘይውሰንን ጕይትነቱ ሕፁፅ ጕደሎ እዩ ክንብል ኣይግባእን እዩ። ከም ዕብየት ጕይትነቱ ደኣ ንባህሪኡ ንፍለጥ እምበር። ኤፌ 3፡6-15።
፴፮ ወንትወከፍ ኮሎ ዘይቤ በትሕትና እስመ በእንተ ሥርዓት ዘገብሮ ለመድኃኒትነ ውእቱ እመሰ ፈቀድነ ንትናገር ዘከመ አምጣነ ዕበዩ ኢንረክብ ድልወተ ለተናግሮቱ።	36 ነቲ ኮሉ ሰብ ኮይኑ ዝተዛረቦ ንእመን። ከመይ ንኣና ንምድኃን ስለ ሥጋዊኡ ዝገበሮ ስለዝኾነ። ከም መጠን ጕይትነቱ ክንዛረብ እንተፈቲንና፡ ነዚ ንምዝራብ ሥልጣን ኣይንረክብን ኢና።
፴፯ ወባሕቱ ንትመየጥ በዘሀሎነ ቦቱ ወንበል እስመ እግዚአብሔር ከሀሊ አስተርአየ በዘያስተርኢ መሬት ጎዲጎ ፍጡራነ መንፈሳውያነ። ማቴ ፲፰፡፲፪-፲፫። ዮሐ ፳፩፡፲፬ ።	37 ግና ናብዚ ዘሎናዮ ደኣ ንመለስ። ኮሉ ዝኽእል እግዚኣብሔር ነቶም ረቂቃን መላእኽቲ ኃዲጉ ብዝረኣ ሥጋ ከም ዝተገልጸ ንዛረብ። ማቴ 18፡12-13, ዮሓ 21፡14።
፴፰ ከመ አንበሪ ዘአልዐለ ርእሶ ወአሰተ ርአየ እንዘ ይጸብት መልዕልተ ማያት ከማሁ ሶበ ኮነ መልዕልተ	38 ዓሣ ነባሪ ርእሱ ኣቐልቂሉ ኣብ ልዕሊ ማያት እናሓምበሰ ከምዝርኣ፡ ከምኡ ኽኣ ልዕሊ ኮሎም ፍጡራን

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
ኮሎሙ ፍጡራን በሥምረት ክሡት። ማቴ ፲፩፡፳፯። ኤፌ ፩፡፫-፲፫ ።	ከሎ ብፍቓዱ ዝተገልጸ እዩ። ማቴ 11፡26። ኤፌ 1፡3-13።
፴፱ ወህየ በውእቱ መካን ንኄጽሮ ለመንፈስ ቅዱስ በመካን ዘህለዉ ቦቱ አብ ወወልድ ወሎቱ ኵሉ ዕበየ መለኮት ዘህሎ በአብ ወወልድ ዘውእቱ ምሕረት ወሣህል አእምሮ ወቅድሳት ሕይወት ወንጽሕና። መዝ ፻፲፩(፻፲)፡፪-፬። ፻፵፯(፻፵፮)፡፭። ኢሳ ፮፡፩-፭። ዮሐ ፲፭፡፳፮-፳፯። ፩ቆሮ ፩፡፴-፴፩።	39 ኣብቲ አብን ወልድን ዘለውዎ ቦታ ኣብኡ ንመንፈስ ቅዱስ ንርእዮ ኢና። ኣብ አብን ወልድን ዘሎ ክብሪ ኣምላኽነት ንመንፈስ ቅዱስ ውን ገንዘቡ እዩ። እዚ ድማ ለውሃት ይቕሬታ ፍልጠት ቅድስና ሕይወት ንጽሕና እዩ። መዝ 111(110)፡2-4, 147(146)፡5, ኢሳ 6፡1-5, ዮሓ 15፡26-27, 1ይቆሮ1፡30-31።
፴ ይቤ ዳዊት ነቢይ በእንተ ዝንቱ መንፈስ ወመንፈሰከ ቅዱስ ኢታውጽእ እምላዕሌየ ወዓዲ ይቤ መንፈሰ ርቱዐ ሐድስ ውስተ ከርሥየ ወበመንፈስ አዚዝ አፅንዓኒ ። መዝ ፶፩(፶)፡፲-፲፪።	40 ነቢይ ዳዊት ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ክዛረብ ከሎ፡- መንፈስካ ካባይ ኣይተርጎቕ በለ። ከምኡ ውን ሓቀኛ መንፈስካ ኣብ ሰብነተይ ኣጽንዓለይ፡ ከኣሊ ብዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ኣጽንዓኒ በለ። መዝ 51(50)፡10-12።
፴፩ ወጳውሎስሂ ሐዋርያ ይቤ ሕገ መንፈሰ ሕይወት። ሮሜ ፰፡፩-፲፩ ።	41 ሓዋርያ ጳውሎስ ውን ሕይወት ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ዝሠርዓ ሕጊ እያ በለ። ሮሜ 8፡1-15።
፴፪ ወዝንቱ ንባብ ዘዘከርነ በእንቲአሁ አልቦ ውስቴቱ ፍድፋዴ ወኢኮነ ሎቱ ድኅረ ወባሕቱ በከመ ነበልባል ኢይትፈለጥ እምእሳት ወኢይትፈለጥ ፀዳል እምብርሃን ከማሁ ንጽሕና ወሕይወት ወምሕረት ወአእምሮ ኢይትፈለጥ እምነ መንፈስ ቅዱስ ። ገላ ፭፡፳፪-፳፭ ።	42 ብዛዕባኡ ዝተዛረብናዮ ዘረባ ዝተወሰኸ የብሉን፡ ኣይንከዮን ውን። ግና ነበልባል ካብ ሓዊ፡ ፀዳል ውን ካብ ብርሃን ከምዘይፍለ ከምኡ ድማ ንጽሕና ሕይወት ለውሃት ፍልጠት ካብ መንፈስ ቅዱስ ኣይፍለን እዩ። ገላ 5፡22-25።
፴፫ እስመ መንፈስ ቅዱስ ህልው ውእቱ በአብ ወወልድ እለ አልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት።	43 ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ጥንትን ፍጻሜን ኣብ ዘይብሎም አብን ወልድን ህልው ስለዝኾነ።
፴፬ ወኢይትኄለቀኑ ምስለ ብዙኃን ኢተአምሩኑ ከመ ሥሉስ ቅዱስ ፩ዱ በህላዌ መለኮት ወኢይትማሰል በብዙኃን ወበከመ አብ ፩ዱ ወወልድኒ ፩ዱ ከማሁ መንፈስ ቅዱስኒ ፩ዱ ውእቱ ።	44 ምስ ብዙኃት ውን ኣይቀጸርን እዩ። ሠለስተ ኣካላት፡ ብባህርየ መለኮት ሓደ ከምዝኾነ ምስ ብዙኃት ከምዘይነጻጸር ኣይትፈልጡን ዲዥም፡ ከምቲ አብ ሓደ ዝኾነ፡ ወልድ ውን ሓደ ከም ዝኾነ ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ሓደ እዩ።
፴፭ እስመ መናፍስት እለ ይትለአኩ ነአምሮሙ ከመ ብዙኃን ጥቀ ወኢይትአመር ኀጕልቆሙ ለለኵሉ መዓርግ ወኢይደልወነ ንጎሥሥ ውስተ ፍጡራን ግብሮ ለዘይትሌዐል እምኵሎሙ ፍጡራን ወኢንኄልቀኑ መንጽሔ ምስለ ዘያነጽሖሙ።	45 ከመይ መላእኽቲ ረቂቃን ስለዝኾኑ ኣዝዮም ብዙኃት ከምዝኾኑ ንፈልጦም ኢና፡ በብመዓርጎም ውን ኵሎም ቀጽሮም ኣይፍለጥን እዩ። ልዕሊ ኵሎም ፍጡራን ዝኾነ ናቱ ሥራሕ ኣብ ውሽጢ ፍጡራን ክንምርምሮ ኣይግባእን እዩ። ነቲ ዘንጽሕ ውን ምስቶም ዘንጽሖም ኣይንቈጽሮን ኢና።

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
፴፮ ዝንቱ ውእቱ ንጉሥ መላእክት ወሊቃነ መላእክት ወይእኀዝ ኃይላተ ወያነጽሕ ኵሎ ወይመልክ ኵሎ ፍጥረተ። ኢሳ ፮፡፩-፬። ግብ ሐዋ ፯፰፡፯፩። ፩ዮሐ ፪፡፩	46 አብ ልዕሊ መላእክቲን ሊቃነ መላእክትን ነጊሡ ዝነብር ንሱ እዩ። ንኃይላት ወሲኑ ገቲኡ ዘንብር፡ ኻኮሉ ዘንጽሕ ኻኮሉ ፍጥረት ውን ዝገዝእ ንሱ እዩ። ኢሳ 6፡1-4, ግብ.ሐዋ 28፡25, 1ይ ዮሓ 2፡1።
፴፯ ወይሬስዮሙ ድልዋነ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ይንሥኡ እምኔሁ በአምጣነ ሀብቱ ዘይጼግዎሙ ውእቱ ይሁብ ኵሎ ሀብታተ እምኀቤሁ ወኢየሐፅየ ሎቱ ምንትኒ በእንተ ዘተነሥአ እምኔሁ አላ ውእቱ ክመ ኢየሐፅፅ ለዓለመ ዓለም። ፩ቆሮ ፲፪፡፩-፲፩ ።	47 ከምቲ ከም መጠን ሃብቱ ዝህቦም ካብኡ ንክቕበሉ፡ ካብኦም ነፍስ ወከፎም ብቁዓት ይገብሮም። ኵሉ ሃብቱ ውን ካብኡ ካብ ባህሪኡ ይህብ። ካብኡ ስለዝተዋህበ ንእኡ ምንም ኣይጐድሎን እዩ። ከመይ ንሱ ኵሉ ሳዕ ንዘለዓለም ሕፀፅ (ጉድለት) የብሉን። 1ይ ቆሮ 12፡1-14።
፴፰ ከመ ፀሐይ ዘይሠርቅ ላዕለ ኵሉ ሥጋት ወይነሥኡ እምኔሁ ኵሉ ለለ፩ዱ በበአምሳሉ ወኢየሐፅየ ምንትኒ በእንተ ዘተነሥአ እምኔሁ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ ይሰፍሕ ላዕለ ኵሉ ፍጥረት ሀብታቲሁ ኢየሐፅፅ ወኢይትከፈል። መዝ ፻፱(፻፲)፡፬።	48 ፀሓይ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ሥጋውያን ከምዘብርህ እሞ ካብኡ ኵሉ ነፍስ ወከፍ በብኣካሉ ብርሃንን ሙቐትን ከምዝቕበል፡ ካብኡ ስለዝተዋህበ ድማ እቲ ሙቐት ብርሃን ምንም ከምዘይጐድሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ከምኡ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ሃብቱ የኀድር፡ ኣይጐድልን ኣይክፈልን ድማ። መዝ 19(18)፡4።
፴፱ ውእቱ ያበርህ ኵሎ በአእምሮተ እግዚአብሔር ሕያው ወይነፍሕ በአፈ ነቢያት ወይሁብ ጥበበ ለእለ ሀለዉ ውስተ ሕግ ወይሬስዮሙ ለካህናት ጻድቃነ።	49 ንሕያው እግዚኣብሔር ብምፍላጥ ንኵሉ ፈላጥ ይገብር፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ትንቢት የዛርብ፡ ብሕጊ ጸኒያም ንዘለዉ ጥበብ ይገልጽ፡ ንካህናት ሓቀኛታት ይገብሮም።
፵ ወይሁብ ኀይለ ለነገሥት ወኀድኣተ ለዕ ጉሣን ያንሰአስእ ሀብታተ ጽድቅ ወያሐዩ ሙታነ ወይፈትሐሙ ለሙቁሐን ወይሬስዮሙ ለፈላስያን ወልዱ በዳግም ልደት ይገብር ዘንተ በላዕለ እሉ ወበዘይመስሎሙ። ፩ሳሙ ፪፡፲። ሮሜ ፬፡፲፯። ራእ ዮሐ ፲፫፡፲-፲፩።	50 ንነገሥታት ኃይሊ ይህብ፡ ብመከራ ንዝዕገሡ ትዕግሥቲ ይህብ፡ ሓቀኛ ሃብትን ውልድነትን ይዕድል፡ ምዉታን የተንሥእ፡ ንእሱራት ይፈትሕ፡ ካብ ጣያት ካብ ኃጢኣት ንዝተፈልዩ ብጥምቀት ካብ ሥላሴ ከምዝውለዱ ይገብር። በዚኦምን ብዝመስልዎምን ከምዚ ይገብር። 1ይ ሳሙ 2፡10, ሮሜ 4፡17, ራእ ዮሓ 13፡10-11።
፵፩ ወሶበ አምነ ቡቱ መጸብሐዊ ረሰዮ ወንጌላዌ ወሶበ ኀደረ ውስተ መሠግር ረሰዮ ነባቤ መለኮት ወሶበ ረከበ ፀዐሌ ወሰዳዴ ረሰዮ ሐዋርያ ወሰባኬ ለአሕዛብ በሃይማኖት ወዓዲ ረሰዮ ንዋየ ኀሩየ። ማቴ ፬፡፳-፳፫። ፱፡፱።	51 ነቲ ተጋዊ ዝነበረ ማቴዎስ ምስ ኣመኖ ጸሓፊ ወንጌል ገበሮ። ኣብቲ ገፋፊ ዓሣ ዝነበረ ዮሓንስ ምስ ኃደረ ውን ሓድነትን ሥለስትነትን ከምዝዛረብ ገበሮ። ንክርስቶስ ዝጸርፍ ንክርስቲያን ዘሳድድ ንዝነበረ ጳውሎስ ውን ኣሚኑ ምስ ረኸቦ ንኣሕዛብ

ዘባስልዮስ ም. ፴፫	ዘባስልዮስ ም. 33
ራእ ዮሐ ፲፡፱-፲፡፡ግብ ሐዋ ፱፡፩-፳፩። ገላ ፩፡፳፪-፳፬። ፩ጢሞ ፩፡፲፪-፲፯።	ሃይማኖት ዝምህር ሓዋርያን ከምኡ ውን ጎሩይ ኣኾሓን ገበሮ። ማቴ 4፡20-23። 9፡9። ራእ ዮሓ 10፡9-10። ግብ ሐዋ 9፡1-21። ገላ 1፡22-24። 1ይ ጢሞ 1፡12-17።
፶፪ በእንቲኣሁ ይከውኑ ድኩማን ጽኑዓነ ወይከውኑ አብዳን ጠቢባነ ፈድፋደ እምኮሎሙ ጠቢባን።	52 ንሱ ስለዝኃደሮም እቶም ድኹማት ጽኑዓት ይኾኑ፡ ዓያሹ ዝነብሩ ካብ ኵሎም ጥበበኛታት ዝያዳ ፈላጣት ይኾኑ።
፶፫ ጳውሎስ ኮነ ድውየ ወባሕቱ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ዘጎዱር ላዕሌሁ ኮነ ጸጋዌ ፈውስ ለድውያን እምነ አዕርቅት ዘጥብሉላን በሥጋሁ ወጴጥሮስሂ ኮነ ድውየ ሥጋ ወባሕቱ በእንተ ሀብተ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዘጎዱር ላዕሌሁ ፈወሰ ጽላሎተ ሥጋሁ ድውያነ ሶበ ለከፎሙ እንዘ የጎልፍ ። ግብ ሐዋ ፭፡፲፭-፲፮። ፲፱፡፲፭-፲፱። ፪ቆሮ ፲፪፡፯-፲፫።	53 ጳውሎስ ሕሙም ነበረ፡ ግና መንፈስ ቅዱስ ስለዝኃደሮ በቶም ተኸዲንዎም ዝነበሩ ክዳውንቲ ንሕሙማት ዝፍውስ ዝህብ ኮነ። ጴጥሮስ ውን ሕሙም ነበረ፡ ግና ሃብቲ መንፈስ ቅዱስ ፍጹም ስለ ዝኃደሮ ብመንገዲ እናኃለፈ ጽላሎቱ ክዓርፎም ከሎ እቲ ጽላሎቱ ድውያን ይፍውስ ነበረ። ግብ ሐዋ 5፡15-17።19፡11-12።2ይ ቆሮ 12፡7-13።
፶፬ ጴጥሮስ ወዮሐንስ ነዳያን እሙንቱ ወአልቦሙ ወርቅ ወብሩር ወባሕቱ ኮኑ ያብዕሉ ሰብአ ወይሁብዎሙ ጥሪና ዘይኄይስ እምወርቅ ወእምብሩር ጥቀ።	54 ጴጥሮስን ዮሓንስን ድኻታት ነበሩ፡ ወርቅን ብሩርን ኣይነበሮምን ግና ሰብ የኽብሩ ነበሩ። ካብ ወርቅን ብሩርን ዝበልጽ ጥዕና ውን ይህብዎም ነበሩ።
፶፭ መፃጉዕ ተመጽወተ ወርቅ ወብሩር ብዙኅ ወኢረከበ ጥሪና ብዙኅ ወሶበ ነሥአ ሀብተ እምጴጥሮስ ወዮሐንስ ብዕለ እምነሢአ ምጽዋት ወተንሢአ ሮፀ ከመ ጎየል እንዘ ይሴብሖ ለእግዚአብሔር ። ግብ ሐዋ ፫፡፩-፲፫። ፱፡፴፪-፴፭ ።	55 እቲ መፃጉዕ ብዙኅ ወርቅን ብሩርን እኳ እንተተመጽወተሉ ጥዕና ኣይረኸበን። ካብ ጴጥሮስን ዮሓንስን ሃብተ ፈውስ ኣብ ዝረኸበሉ ጊዜ ግና ምጽዋት ምቕባል ገደፍ፡ ብድድ ኢሉ ውን ንእግዚኣብሔር እናመስገነ ከም ኢራብ እናተሠራሠረ ከደ። ግብ ሐዋ 3፡1-13። 9፡32-35።
፶፮ ዮሐንስኒ ኮነ ኢየአምር ምንትኒ እምጥበበ ዝንቱ ዓለም ወናሁ ተናገረ ነገረ ዓቢያተ ዘይፈደፍድ እምጠቢባን በእንተ ጎይለ መንፈስ ቅዱስ ዘጎዱር ላዕሌሁ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።፫፡፱-፳፩። ራእ ዮሐ ፩፡፱-፳ ።	56 ዮሓንስ ካብ ጥበብ እዚ ዓለም'ዚ ፈጺሙ ኣይፈልጥን ነበረ። ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኃደሮ ግና ካብቶም ፈላጣት ዝበልጽ ብዙኅ ነገር ተዛረበ። ዮሓ 1፡1-18። 3፡9-21። ራእ ዮሓ 1፡9-2።
፶፯ ዝንቱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ ዘይሄሉ ላዕለ ኵሉ ወውእቱ ኮለንታሁ ህልው ላዕለ ኵሉ ፩ዱ ፩ዱ ዘይትዌከፎ ወውእቱ ኮለንታሁ ህልው	57 ኣብ ኵሉ ብምልኣት ዝነብር እዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ኣብ ነፍስ ወከፍ ኵሉ ዝኣምኖ ንሱ ኮልንትናኡ (ፍጹም ኣካሉ) ኃዲሩ ይነብር፡ ንሱ ኮለንትናኡ ኣብ እግዚኣብሔር ኣብን ኣብ

ዘባስልዮስ ም. ፴፫ ፥ ፴፬	ዘባስልዮስ ም. 33 ፥ 34
በእግዚአብሔር አብ ወበእግዚአብሔር ወልድ እስመ መንፈሶሙ ውእቱ።	እግዚአብሔር ወልድን ህልው እዩ፥ ምክንያቱ እስንፋሶም እዩ።
፶፰ አኮ ዘይሁብ ሀብታተ ከመ ላዕክ አላ ውእቱ እግዚአብሔር ይሁብ ሀብታተ ወይከፍል ጸጋሁ ላዕለ ኵሉ ዘከመ ፈቀደ ወበሥርዓቱ ይሰፍሕ ወየሐውር በሥልጣኑ።	58 ከም ተለኣኪ ኮይኑ ተኣዚዙ ሃብቲ ዝህብ ኣይኮነን። ንሱ እግዚኣብሔር እዩ እሞ ሃብቲ ይህብ፥ ንሱ ከምዝፈተዎ ኸኾሉ ክብሩ ይዕድል፥ ብምልኣት ኣብ ኮሉ ይጎድር ብሥልጣኑ ውን ጸኒዑ ይነብር።
፶፱ ወለዝንቱ ንስአሎ ይእዜኒ ወንጎሥሥ ኀቤሁ ከመ ይጎድር ውስተ ነፍሳቲነ ወኢይክልአነ እምነ ሀብቱ በኵሉ ዘመን በጸጋ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለዓቱ ስብሐት ወለአቡሁ መሐሪ ወለመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ለዓለመ ዓለም አሜን።	59 ሕጂ ውን ኣብ ነፍስና ኸጎድር፥ ኣብ ኮኾሉ ዘመን ውን ኑቲ ሃብቱ ንከይከልኣና ተጊህና ንእኡ ንለምኖ። ንእኡ ኑቲ ለዋኃ ኣቦኡን ንዘድጎን መንፈስ ቅዱስን ንዘለዓለም ምስጋና ብዝግብኡ ብለውሃት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፴፬ ክፍል ፭	**ምዕራፍ 34 ክፍሊ 5**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ባስልዮስ በእንተ ሃይማኖት በጥንተ ድርሳናቲሁ ዘጎልቆሙ ፪ወ፮ቱ።	1 ፍቕዶም 106 ኣብ ዝኾኑ ድርሳናቱ መጀመርታ፥ እዚ ቅዱስ ባስልዮስ ብዛዕባ ሃይማኖት ዳግማይ ከምዚ በለ።
፪ መቅድመ ኮሉ ንእመን በ፩ዱ አምላክ ዘቦቱ ፫ቱ አካላት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ዕሩይ እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ዱ።	2 ቅድሚ ኮሉ ሥራሕ፥ ሠለስተ ኣካላት ብዘለውዎ ብሓደ መለኮት ንእመን። ብባህርይ ሓደ ብኣካል ሠለስተ ዝኾኑ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ሓደ ክኾኑ ከለዉ ሠለስተ እዮም። ሠለስተ ከለዉ ድማ ሓደ እዮም።
፫ ኢኮነ ፩ደ አካለ ዘከመ ይሔልዩ ሰብኡ ለሰባልዮስ ዐላውያን አላ ፩ዱ መለኮት ውእቱ ዘቦቱ ፫ቱ አካላት እስመ አብሂ አብ ውእቱ ወወልድሂ ወልድ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስሂ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ።	3 እዞም ከሓድቲ ሰዓብቲ ሰባልዮስ ከም ዝብልዎ፥ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኣይኮነን። ሓደ መለኮት ሠለስተ ኣካላት ዘለውዎ እዩ እምበር። **ኣብ ኣብ** እዩ፥ **ወልድ** ውን **ወልድ** እዩ፥ **መንፈስ ቅዱስ** ውን **መንፈስ ቅዱስ** እዩ።
፬ ወኢሀሎ አብ አሐተ ሰዓተ ወኢከመ ቅጽበተ ዓይን እንበለ ወልዱ ወእንበለ መንፈሱ ቅዱስ አላ ህልው ውእቱ ምስሌሆሙ በኵሉ ጊዜ።ዮሐ ፩፡፩-፬።	4 **ኣብ**፥ ካብ ወልድን ካብ መንፈስ ቅዱስን ተፈልዩ ንሓንቲ ሰዓት ከም ቅጽበት ዓይኒ እኳ ኣይነበረን። ኮኾሉ ሳዕ ምስኣም ዝነበረን ዝነብርን እዩ እምበር። ዮሓ 1፡1-4።
፭ አልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት አላ እሙንቱ ጥንት ወተፍጻሜት ለኵሎሙ ፍጡራን። መዝ ፻፪(፻፩)፡፳፭-፳፯።	5 ኣረካቢ መፈጸምታ የብሎምን፥ ንሳቶም ደኣ ንኾሎም ፍጡራን መርከቢን መፈጸምታን እዮም እምበር። መዝ 102(101)፡25-27።

ዘባስልዮስ ም. ፴፬	ዘባስልዮስ ም. 34
፮ ወዓዲ ይደልወነ ንእመን ከመ ቦቱ ለወልደ እግዚአብሔር ፪ቱ ልደታት ቀዳማዊ ልደቱ እምእግዚአብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወዳግማዊ ልደቱ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በደኃሪ መዋዕል። መዝ ፪፡፯። ፻፲(፻፱)፡፫። ማቴ ፲፱፡፳፰። ዮሐ ፲፯፡፳፯-፳፰። ገላ ፬፡፬ ።	6 ከምኡ ውን ንወዲ እግዚአብሔር ክልተ ልደታት ከም ዘለዎ ክንአምን ይግባእ። ቀዳማይ ልደቱ ቅድሚ ዓለም ካብ እግዚአብሔር **አብ** ዝተወልዶ ልደት እዩ፡ እቲ ካልኣይ ልደቱ ድማ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዳጎራይ ዘመን ዝተወልዶ ልደት እዩ። መዝ 2፡7። 110(109)፡3። ማቴ 19፡28። ዮሓ 16፡27-28። ገላ 4፡4።
፯ ኢተፈጥረ ከመ ኪሩቤል ወሱራፌል አላ ውእቱ ይትሌዕል እምኵሎሙ መላእክት ወሊቃናት ወውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮት ወስብሐት ወምልክና ወነይል።	7 ከም ኪሩቤልን ሱራፌልን ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ንሱ ንመላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ዝፈጠረ እዩ'ምበር። ምስ **አብ** ብባህርይ ብጕይትነት ብኽብሪ ብምፍጣር ሓደ እዩ።
፰ ወመንፈስ ቅዱስሂ ይነሥእ እም፪ሆሙ በከመ ለሊሁ ስምዐ ኮነ ወልድ ወይቤ እምዚአየ ይነሥእ ወይነግረክሙ ዝንቱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ ዘወረደ ላዕለ ወልድ በውስተ ዮርዳኖስ በአምሳለ ርግብ። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯። ዮሐ ፲፮፡፲፬-፲፭ ።	8 መንፈስ ቅዱስውን ካብ አብ ልብነት፡ ካብ ወልድ ቃልነት ገንዘቡ ይገብር። ቃልነት ካባይ ገንዘቡ ጌሩ ክነግረኩም እዩ ክብል ባዕሉ ወልድ ከምዝመስከረ። እቲ ኣብ ዮርዳኖስ ብኣምሳል ርግቢት ወሪዱ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ወልድ ዝተቐመጠ ንሱ እዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ማቴ 3፡13-17። ዮሓ 16፡12-15።
፱ ወሶበ ርእየ ወልድ ከመ በዝኆት ኃጢአት ወረደ ወነደረ በእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በግብር ዘኢይትነገር ወዘኢይትሐተት ወተፀውረ በከርሣ ፱ተ አውራኃ።	9 ወልድ ውን ኃጢኣት በዚኃ ምስ ርኣየ፡ ብዘይንገርን ዘይምርመርን ግብሪ ወሪዱ ኣብ ማኅፀን እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ኃደረ። 9ተ ወርኀን 5ተ መዓልትን ውን ኣብ ማኅፀና ተወሰነ ።
፲ ወነሥአ እምኔሃ ሥጋ ፍጹመ ዘፈጠሮ ለርእሱ እንዘ ህልው ውስቴታ በፈቃደ አቡሁ ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ ።	10 ኣብኣ ኃዲሩ ነቲ ኽዋሓዶ ዝፈጠሮ ፍጹም ሥጋ፡ ብፍቓድ **አብን** ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስን ካብኣ ወሰደ።
፲፩ ወኢንበል እስመ አብ ፈጠረ ሎቱ ከመ ኢንረስዮ ነኪረ እምነ መለኮት አላ ለሊሁ ፈጠረ ለርእሱ እስመ ውእቱ ፩ዱ መለኮት ወምልክና ምስለ አብ በኵሉ ግብር ኢያምጽአ ሥጋ ምስሌሁ አመ ወረደ አላ ለብሰ ሥጋ እማርያም ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ።	11 ካብ ፈጣሪነቱ ምእንቲ ከይነውጽኣ **አብ** ፈጢርሉ ኣይንበል። ንክዋሓዶ ባዕሉ ፈጠሮ ንበል እምበር። ብኵሉ ሥርሑ ምስ **አብ** ሓደ ጕይትነት ሓደ ኣገዛዝኣ ስለዘለዎ፡ ሰብ ንምኻን ምስ ወረደ ሥጋ ኂዙ ኣይመጸን። ዘርኢ ሰብኣይ ምኽንያት ከይኮኖ ካብ ድንግል ማርያም ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ተዋሓደ ደኣ እምበር።
፲፪ ዝንቱ ውእቱ ሃይማኖትነ ዘነአምን ቦቱ ኢተወልደ በምትሐት አላ ተወልደ በሥጋ እሙነ ወኢሐመ በምትሐት አላ ሐመ በአማን በሥጋ	12 እንኣምኖ ሃይማኖትና እዚ እዩ። ብሓቂ ብሥጋ ተወልደ እምበር ብሓሶት ኣይተወልደን። ብሓቂ ብሥጋ ሓመመ እምበር ብሓሶት ኣይሓመመን ብሓቂ

ዘባስልዮስ ም. ፴፬	ዘባስልዮስ ም. 34
ርኅበ ወጸምአ በጽድቅ ወአኮ በምትሐት።	ጠመየን ጸምአን እምበር ብሓሶት ኣይኮነን።
፲፫ ወዓዲ በልዐ ወሰትየ ምስለ ኃጥኣን ወመጸብሐን ወዘአቅረቡ ሎቱ በልዐ ። ማቴ ፱፥፲-፲፰። ፲፩፥፲፱-፳ ።	13 ከምኡ ውን ምስ ኃጥኣንን ተገውትን በልዐን ሰተየን ዝቐረብሉ ውን በልዐ። ማቴ 9፥10-18። 11፥19-20።
፲፬ ወመጠወ ርእሶ ለስቅለት ወተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ ወተረግዘ ገቦሁ በኵናት ወወጽአ እምኔሁ ደም ወማይ አምሳሊሁ ቅዱስ ምሥጢር ። ዘካ ፲፪፥፲። ዮሐ ፲፱፥፲፯-፴፯። ራእ ዮሐ ፩፥፮ ።	14 ርእሱ ኣጎሊፉ ንመስቀል ሃበ። ኢዱን እግሩን ተሸንከ። ጐድኑ ብኵናት ተወግአ፡ ካብኡ ኽኣ ቅዱስ ምሥጢር ዝተገልጸሉ ደምን ማይን ፈሰሰ። ዘካ 12፥10, ዮሓ 19፥17-38, ራእ ዮሓ 1፥6።
፲፭ አኮ በሥጋሁ ባሕቲቱ ዘተገብረ ዝንቱ አላ እንዘ ይትወሐድ ምስለ መለኮቱ ከመ ኢንክሐድ ከመ ፎጢኖስ ወሰባልዮስ እለ ይብሉ ተአተተ መለኮቱ ጎበ ገጸ መካን ወሰቀሉ ሥጋሁ ባሕቲቶ። ሮሜ ፭፥፮-፲፩። ፩ቆሮ ፪፥፯-፲። ፪ቆሮ ፭፥፲፬-፲፭።	15 እዚ ዝተገብረ ብሥጋኡ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሥጋ ምስ መለኮት ተዋሒዱ እዩ እምበር። መለኮቱ ናብ ሓደ ወገን ተፈልየ፡ ሥጋኡ ጥራይ ሰቐሉ ከምዝብሉ ከም ፎጢኖስን ሰባልዮስን ምእንቲ ከይኽሕድ። ሮሜ 5፥6-11። 1ይቆሮ 2፥7-10።2ይ ቆሮ 5፥14-15።
፲፮ ንሕነሰ ነአምን እስመ ዘአልቦቱ ሥጋ ተሠገወ ወዘኢየሐምም ሐመ ወዘአልቦቱ ደም ተሳተፈ ደመ ዚአነ ወዘኢይመውት ሞተ በሥርዓተ ሥጋ። ዕብ ፪፥፮-፲፰።	16 ንሕና ግና ሥጋ ዘይብሉ ቃል ሥጋ ከምዝተዋሓደ፡ ብባህርይ ዘይሓምም ቃል ብሥጋ ከም ዝሓመመ፡ ነፍስ ዘይብሉ ቃል ናትና ነፍስ ከምዝተዋሓደ፡ ብባህርይ ዘይመውት ንሱ ብሥርዓት ሥጋ ከምዝሞተ ኢና ነኣምን። ዕብ 2፥6-18።
፲፯ ወኢትፍራህ ይእዜኒ ሶበ ሰማዕከ ከመ እግዚአብሔር ሞተ ወኢትደንግፅ እምዐላውያን ከሐድያን እለ አልቦሙ አእምሮ እለ ይብሉ ሐሰ ሎቱ ይሙት ዘኢይመውት።	17 ሕጂ ድማ 'እግዚአብሔር ሞተ' ክበሃል እንተ ሰማዕካ ኣይትፍራህ። በቶም “ነቲ ዘይመውት ሞተ ምባል ኣይግባእን” ዝብሉ ፍልጠት ዘይብሎም ነቲ ሕማሙን ሞቱን ዝክሕዱ መናፍቓን ኣይትሰንብድ።
፲፰ ንሕነሰ ነአምር እስመ ውእቱ ኢመዋቲ ወሶበሂ ሞተ በሥጋ ተንሥአ በጎይለ መለኮቱ ወሶበሰ ኢኮነ ኢመዋቴ ሶበ ሞተ በሥጋ እምኢያንሥአ ሥጋሁ አላ እምነበረ ሥጋሁ ውስተ መቃብር እስከ ፍጻሜ ዓለም።	18 ንሕና ግና እቲ ብመለኮቱ ሞት ዘይብሉ ብሥጋ እንተሞተ እኳ ብሥልጣን መለኮቱ ከምዝተንሥአ ንፈልጥ ኢና። ዘይመውት እንተ ዝኸውን ነይሩሲ፡ ብሥጋ ምስ ሞተ ንሥጋኡ ኣይመተንሥኦን ነይሩ፡ ሥጋኡ ውን ክሳዕ ፍጻሜ ዓለም ኣብ መቓብር ምነበረ ነይሩ።
፲፱ ወካዕበ ነአምን ወንትአመን በሥሉስ ቅዱስ ወሶበ ነሥአ ቃል አሐዱ አካል እም፫ቱ አካላት ሥጋ እምእግዝእትነ	19 ከምኡ ውን ብሠለስተ ኣካላት ንኣምን ኢና። ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ዝኾነ ቃል ውን ካብ እመቤትና ቅድስት

ዘባስልዮስ ም. ፴፬	ዘባስልዮስ ም. 34
ቅድስት ድንግል ማርያም ወተዋሐደ ሥጋ ምስለ መለኮት ኢተከፍሉ ወኢኮኑ ፬ተ አላ ይሄሉ ሥላሴ ዘልፈ በሥላሴሁ።	ድንግል ማርያም ሥጋ ኣብ ዝወሰደሉን ሥጋ ውን ምስ መለኮት ኣብ ዝተዋሓደሉን ጊዜ ክልተ ኣይኮኑን፡ ኣርባዕተ ውን ኣይኮኑን። ሠለስትነት ኮሉ ጊዜ ብሠለስትነቱ ጸኒዑ ይነብር እምበር።
፳ ወለሥጋሂ ዘነሥኦ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም አዕረጎ ምስሌሁ ውስተ ሰማያት በተዋሕዶ ወቦቱ ይመጽእ ይኩንን ሕያዋነ ወሙታነ። መዝ ፺(፵፱)፡፫። ማቴ ፳፭፡፴፩-፵፮። ግብ ሐዋ ፩፡፱-፲፪።	20 ነቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ምስኡ ብተዋሕዶ ናብ ሰማይ ኣዕረጎ፡ ንጻድቃን ክፈርደሎምን ንኃጥኣን ኽኽፈርዶምን በዚ ዝተዋሓዶ ሥጋ ክመጽእ እዩ። መዝ 50(49)፡3። ማቴ 25፡31-46። ግብ ሓዋ 1፡9-12።
፳፩ ዝንቱ ውእቱ ርስቶሙ ለክርስቲያን ወክፍሎሙ አሐቲ ሃይማኖት ወአሐቲ ጥምቀት በስመ ሥሉስ ቅዱስ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘውእቶሙ ፭ዱ እሙንቱ በተዋሕዶተ መለኮት ወዘእንበሌሆሙ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ። መዝ ፴፯(፴፮)፡፲፰። ፩ዮሐ ፪፡፳፬-፳፭። ኤፌ ፬፡፭። ዮሐ ፩፡፩-፬።	21 ናይ ክርስቲያን ርስቶምን ዕድል ግደኣምን እዚ እዩ። ብሠለስተ ስም ዝኣምንዎ ሃይማኖት ሓንቲ እያ፡ እታ ዝጥመቕዋ ጥምቀት ውን ሓንቲ እያ። ንሳቶም ብመለኮት ሓደ እዮም። ብእኣም ዘይተፈጥረ ምንም የልቦን። መዝ 37(36)፡18። 1ይ ዮሓ 2፡24-25። ኤፌ 4፡5። ዮሓ 1፡1-4።
፳፪ ፫ቱ ህላዌ በአካላት ወ፭ዱ ህላዌ በመለኮት ዝንቱ ውእቱ ሃይማኖትነ ወዝንቱ ውእቱ መድኃኒትነ በቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	22 ብኣካል ሠለስተ ህላዌ፡ ብመለኮት ሓደ ህላዌ እዮም። ሃይማኖትና እዚ እዩ፡ ሓዋርያት ብዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝረኸብናዮ ድኅነት እዚ እዩ።
፳፫ ስብሐት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	23 ንአብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይግባእ፡ ሎምን ኮሉ ሳዕን ንዘለዓለምን፡ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

❖ ❖ ❖

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፭

ምዕራፍ ፴፭ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ እጉሁ ለዓቢይ ባስልዮስ ውስተ ድርሳኑ ዘ፲ቱወ፩ቱ ውስተ ትርጓሜ መጽሐፈ ሰሎሞን ዘውእቱ መኃልየ መኃልይ።

፪ እስመ ክርስቶስ ኢፍጡር ወፍጡር ጎብሩ በ፩ዱ ህላዌ ወአካል ጎቡረ ንብል በእንቲአሁ ኢፍጡር እስመ ውእቱ ቀዳማዊ እምቅድመ ዓለም ወእስከ ለዓለም ወውእቱ ፈጣሬ ኵሉ ዘሀሎ ። መዝ ፻፪(፻፩)፡፳፭-፳፯። ዕብ ፩፡፩-፲፬።

፫ ወዘሰ ንቤ ፍጡር ውእቱ በእንተ ዘተሣ ተፈ ሥጋ ድካምነ በሥርዓት ዘገብሮ በእንቲአነ።

፬ ወይእዜኒ ይደልወነ ንንብብ ሠናየ ነገረ በተጠናቅቆ በእንተ ዝንቱ ግብር ቅዱስ ወንለቡ ዘንነብብ።

፭ ንበል እስመ ቃል ኢፍጡር ውእቱ ቀዳማዊ እምቀዲሙ ዘውእቱ ጎበ እግዚአብሔር በኵሉ ዘመን ወእግዚአብሔር ውእቱ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ እምኵሉ ዘኮነ።ዮሐ ፩፡፩-፲፬

፮ ወዓዲመ ይትበህል ፍጡረ በእንተ ዘኮነ ሥጋ ወጎደረ ላዕሌነ ዝንቱ ሶበ ኮነ ሥጋ ከሠተ ስብሐቲሁ በምግባር ከመ እግዚአብሔር አስተርአየ በሥጋ ወውእቱ አምላክ ወልድ ዋሕድ ዘሀሎ ውስተ ሕፅነ አቡሁ።

፯ ወከመዝ ይቤ ዮሐንስ ወንጌላዊ ንሕነሰ ርኢነ ስብሐቲሁ ከመ ስብሐተ ፩ዱ ዋሕድ ለአቡሁ ወበአፍአሰ ውእቱ ብእሲ ወተዐውቀ ከመ ውእቱ ይብል በእንቲአሁ ምሉአ ጸጋ ወሞገስ ወጽድቅ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።

ዘጎርጎርዮስ ም.35

ምዕራፍ 35 ክፍሊ 1

1 ኃዉ ንዓቢይ ባስልዮስ፡ ኣብ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ዝነበረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኣብቲ መጽሓፈ ሰሎሞን ማለት መኃልየ መኃልይ ዝተርጐመሉ ኣብ 15 ድርሳኑ ከምዚ በለ።

2 ክርስቶስ ማለት ፈጣርን ፍጡርን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሓደ ኮነ ማለት እዩ። ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ፡ ንዘለዓለም ዝነብር፡ ንዘሎ ኵሉ ዝፈጠረ ንሱ ስለዝኾነ ብዛዕባኡ ክንዛረብ ከሎና ዘይተፈጥረ እዩ ንብል። መዝ 102(101)፡25-27። ዕብ 1፡1-14።

3 ሰብ እዩ ዝበልናዮ ውን ምእንታና ብዝገበሮ ተዋሕዶ፡ ነዚ ድኹም ባህርይና ስለዝተዋሓደ እዩ።

4 ሕጂ ውን ነዚ ፍሉይ ሥራሕ ተጠንቂቕና ጽቡቕ ነገር ክንዛረብ ይግብኣና። ንእንዛረቦ ውን ነስተውዕል።

5 ምኽንያቱ ቃል ዘይተፈጥረ እዩ። ቅድሚ ኵሉ ዝነበረ እዩ። ብኵሉ ዘመኑ ውን ኣብ ህልውና እግዚኣብሔር ኣብ ዘሎ እዩ። ንሱ እግዚኣብሔር እዩ። ካብቲ ዝተፈጥረ ኵሉ ፍጥረት ውን ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን። ዮሓ 1፡1-14።

6 ከምኡ ውን ባህርይና ተዋሒዱ ሰብ ስለዝኾነ ሰብ ይበሃል፡ ንሱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ እግዚኣብሔር ብሥጋ ከምዝተራእየ ብሥራሕ ጐይትነቱ ገለጸ። ንሱ ኣምላኽ ወልድ ዋሕድ ማዕረ ኣቦኡ ዘሎ እዩ።

7 ከምዚ ውን ይብል ወንጌላዊ ዮሓንስ፡- ንሕና ክብረቱ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኣና በለ። ብባህርየ ሥጋ ግና ሰብ ይበሃል። መሥዋዕትነትን ኣተሓ ራቒነትን ሓቅነትን ናቱ ዝገበረ ከምዝኾነ ብዛዕባኡ ዮሓንስ ከምዝተዛረበ ተፈልጠ። ዮሓ 1፡1-18።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፭

፰ ወከመ ውእቱ ኢፍጡር ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወውእቱ ከመ እንበለ ውላጤ ይሄሉ ዘልፈ በኵሉ ጊዜ ወኢይትረከብ በኵሉ አምሳል ወኵሉ ህላዌ።

፱ ወኢይትከሀል ይትነገር ግሙራ ጥንተ ሀልዎቱ ወተፍጻሜቱ እስመ አልቦ ጥንት ወኢተፍጻሜት ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ።

፲ ወበአስተርእዮቱሂ ለነ በሥጋ ኢይትከሀለነ ናእምሮ ዘከመ ድልወቱ ወበእንተ ዝንቱ ያጌብረነ ንትመሀር እምእሉ መምህራን ዘይቤ ቃል በእንቲአሆሙ ይደሉ ይትወከፉ እምኔሆሙ ኵሎሙ እለ ይሰምዑ ቃለ በእንተ ምሥጢር ዓቢይ ዘለኒሁት።

፲፩ ዝንቱ ቃል ዘአስተርአየ በሥጋ በእንቲአነ እንዘ ውእቱ በአርአያ እግዚአብሔር ።

፲፪ ወኮነ ምስለ ሰብእ በአርአያ ገብር በሥጋ ዝንቱ ዘአልቦቱ ጥንት ተወክፈ ሎቱ ለባሕቲቱ ህላዌ ሥጋ ዘቦቱ ጥንት ዘነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ንጽሕት ዘእንበለ ርስሐት።

ክፍል ፪

፲፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ እጉሁ ለባስልዮስ መምህር ዓቢይ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ጥምቀቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዘከመ ኮነ ሎቱ ስምዓ ቃለ አብ በከዊነ ወልዱ።

፲፬ ይቤ ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ዘቦቱ ሠመርኩ። ማቴ ፫፡፲፯ ።

፲፭ ኢኮነ ዝንቱ አሐዱ ፪ተ ካልእ ወልድየ ወካልእ ወልደ ማርያም አኮ ካልእ ዘተወልደ በውስተ በአት ወአኮ ካልእ ዘሰገዱ ሎቱ ሰብአ ሰገል አኮ ፍቁር ዘቦቱ ሠመርኩ ካልእ ዘተጠምቀ ወአኮ ካልእ ዘኢተጠምቀ

ዘጎርጎርዮስ ም.35

8 ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ፣ ዘይተፈጥረ ከምዝኮነ፣ ፍጹም ምልዋጥ ዘይብሉ ከምዝኮነ ኵሉ ሳዕ ብዘይ ምልዋጥ ጸኒዑ ይነብር። ብኵሉ ሥራሑ ብኵሉ ኣነባብርኡን ኣይምርመርን እዩ።

9 ጥንትን ፍጻሜን ኣለዎ ተባሂሉ ከኖ ክንገር ኣይክኣልን እዩ። ከመይ ከም እብን ከም መንፈስ ቅዱስን ጥንቲ ፍጻሜ የብሉን።

10 ነኣና ውን ነቲ ብሥጋ ምግላጹ ከም ዝግባእ መርሚርና ክንፈልጦ ኣይክኣለናን እዩ። “ጸጋ ንምዕዳል ዝገበሮ ተዋሕዶ ዝኣምኑ ሰባት፣ ካብኡም ትምህርቲ ክቕበሉ ይግባእ” ዝብል ቃል ብዛዕባኡም ዝተዛረበሎም ካብ መምህራን ክንመሃር የድልየና።

11 እዚ ንእግዚኣብሔር ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ውን ዝተሻነሎ ክሽውን ከሎ፣ ቃል ምእንታና ብሥጋ ዝተራእዮ ምርኣይ እዩ።

12 ብግዙእ ባህርየ ኣዳም ብሥጋ፣ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ።ጥንቲ ዘይብሉ ንሱ ብዘይምልዋጥ ካብ ንጽሕቲ ዝኾነት ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ጥንቲ መርከቢ ዘለዎ ባህርየ ሥጋ ብዝተፈልየ ኣካሉ ተዋሓደ።

ክፍሊ 2

13 ደጊሙ ውን እዚ ኃዉ ንዓቢይ መምህር ባስልዮስ ዝኾነ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ጥምቀት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ አብ ባዕሉ ወዱ ምኻኑ ከም ዝመስከረሉ ኣብ ዝዛረብ ዓንቀጽ ከምዚ በለ።

14 ዝፈትዎ ብእኡ ህልው ኮይነ ክምለኽ ዝፈተኹዎ ወደይ እዚ እዩ በለ። ማቴ 3፡17።

15 እዚ ሓደ፣ ክልተ ኣይኮነን። ወደይ ዝበሎ ካልእ፣ ካብ ማርያም ዝተወልደ ኸኣ ካልእ ኣይኮነን። ኣብ ደምበ ዝተወልደ ካልእ፣ ሰብኣ ሰገል ዝሰገዱሉ ኸኣ ካልእ ኣይኮነን። ዝተጠምቀ ካልእ፣ ጥምቀት ዘየድልዮ

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፭	ዘጎርጎርዮስ ም.35
አላ ውእቱ ወልድየ ፍቁር ዘቦቱ ሠመርኩ።	ኸአ ካልእ ኣይኮነን። ኣብኡ ህልው ኮይነ ክምለኽ ዝፈተኹዎ ወደይ እዩ ደኣ እምበር።
፲፮ ወዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ዘትሌብውዎ ወትኔጽርዎ ውእቱ ቀዳማዊ ዘአልቦቱ ጥንት ወይእዜኒ ኮነ ውስተ ጕልቈ ዘመን ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ዘእምህላዌ መለኮትየ ወውእቱ እምህላዌክሙ እመንገለ ትስብእት በሎሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ። ሉቃ ፪፡፵፪። ፫፡፳፪-፳፫።	16 ብዓይነ ሥጋ እትርእይዎን ብዓይኒ ልቦና እተስተውዕልዎን እዚ ሓደ ጥራይ እዩ። ጥንት ዘይብሉ ቀዳማዊ እዩ። ሎሚ ግና ዘመን ተቁጽረሉ። ካብ ናተይ ባህርይ ዝተረኽበ፡ ሰብ ብምኻኑ ውን ካብ ናትኩም ባህርይ ዝተረኽበ ንሱ ሓደ ጥራይ እዩ። ብቑሎሉ ሥራሑ ኃጢኣት የብሉን። ሉቃ 2፡42። 3፡22-23።
፲፯ ኢትኅሥሡ ለተሠግዎቱ አበ በዲበ ምድር ወኢትኅሥሡ ሎቱ እመ በሰማያት ወውእቱ እንበለ አብ በዲበ ምድር ወውእቱ እንበለ እም በሰማያት።	17 ኣብ ምድራዊ ልደቱ ኣቦ ኣለዎ ኣይትበሉ። ኣብ ሰማያዊ ልደቱ ውን ኣደ ኣላቶ ኣይትበሉ። ንሱ ኣብ ምድሪ ኣቦ ዘይብሉ እዩ፡ ኣብ ሰማይ ውን ኣደ ዘይብሉ እዩ።
፲፰ ኢትኅሥሡ ሎቱ እመ በሰማያት ዘተሐፅኖ በሐሊብ እስመ ውእቱ እንበለ እም በሰማያት ወኢትፍልጡ መለኮቶ እምትስብእቱ ከመ ኢይኩን ፍልጠት እኩይ ላዕለ ዘኢይትፈለጥ።	18 ኣብ ሰማያዊ ልደቱ ጡብ ኣጥብያ ብጸባ እተዕብዮ ኣደ ኣይትድለይሉ። ኣብ ሰማያዊ ልደቱ ውን ኣደ የብሉን እሞ መለኮቱ ካብ ትስብእቱ ፍሉይ እዩ ኣይትበሉ። ምፍላይ ብዘይብሉ ኣብኡ ክፉእ ምፍላይ ምእንቲ ከይመጽእ።
፲፱ ኢትክፍሉ ትስብእቶ እመለኮቱ እስመ እምድኅረ ተዋሕዶቱ ኢይትከፈል ወኢይቶሳሕሂ ወኢትፍልጡ መለኮቶ እምትስብእቱ ዘሀሎ ውስቴቱ አላ አእምሩ ዘቦቱ።	19 ትስብእት ካብ መለኮት ፍሉይ እዩ ኣይትበሉ። ከመይ ድኅሪ ተዋሕዶ ኣይፍለን እዩ፡ ኣይተሓዋወስን እዩ። ንመለኮት ውን ካብቲ ዝተዋሓዶ ካብ ትስብእት ፍሉይ እዩ ኣይትበሉ። ነቲ ኣብኡ ዘሎ ተዋሕዶ ደኣ ፍለጡ እምበር።
፳ ወኢትረስዩ አካለ ክርስቶስ ፪ተ አካለ ኢትክፍልዎ ለ፩ዱ ወኢትረስይዎ ለ፪ኤ ወኢትረስይዎ ለወልድ ለፈ ወለሥጋሂ ዘነሥኦ ለፈ።	20 ንኣካል ክርስቶስ፡ ክልተ ኣካል ኣይትግበርዎ። ናብ ክልተ ኣካል ናብ ክልተ ባህርይ ፈጺምኩም ኣይትኽፈልዎ። ንወልድ ሓደ ወገን ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ሓደ ወገን ኣይትግበርዎ።
፳፩ ወኢትትሀበሉ ከመ ትፍልጥዎ ለዋሕድ ዘኢይትፈለጥ ወዘኢይደሉ ይጸራዕ ተዋሕዶቱ ኢትሐልዩ በእግዚአብሔር ዘኮነ ብእሴ ከመ ውእቱ ብእሲ ክፉል እመለኮቱ አላ እመኑ ከመ አሐዱ ውእቱ ባሕቲቱ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ።	21 እቲ ዘይክፈል ተዋሕዶ ውን ክፍለ ስለዘይከኣለ ነቲ ሓደ ክትፈልዩ ኣይትድፈሩ። ነቲ ብእግዚኣብሔር ሰብ ዝኾነ፡ ካብ መለኮቱ ዝተፈለየ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኾነ ኣይትሕሰቡ ። ንሱ ሓደ ጥራይ ከምዝኾነ እመኑ ደኣ እምበር። ንሱ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ።
፳፪ ዝንቱ ውእቱ አምላክ ዘሀሎ ቀዲሙ እምቅድመ አዝማን ወኮነ ይእዜ ሰብአ	22 ቅድሚ ዓለም ብቕድምና ዝነበረ ሎሚ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዚ እዩ። ንሱ ውን ንመለኮቱ ካብ ትስብእቱ

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፭	ዘጎርጎርዮስ ም.35
ወውእቱ ይሄሉ ዘልፈ በመለኮቱ ወበትስብእቱ ዘእንበለ ፍልጠት።	ንትስብእቱ ካብ መለኮቱ ከይተፈልየ ንዘለዓለም ይነብር።
፳፫ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ወበዝንቱ መዋዕል ፈቀደ ከመ ይንሣእ ሥጋ እምዘርአ አብርሃም። ሮሜ ፩፡፫። ፱፡፩-፱። ዕብ ፪፡፲፮።	23 ንሱ ሓደ ጥራይ እዩ። በቲ ጊዜያት እቲ ካብ ዘርኢ አብርሃም ሥጋ ንክዋሓድ ፈተወ። ሮሜ 1፡3። 9፡1-9። ዕብ 2፡16።
፳፬ ወሶበ ርኢኮ ለዝንቱ ወልድየ እንዘ ይርኀብ ወይጸምእ እንዘ ይደክም ወይነውም ወያንሶሱ አው እንዘ ይትቀሠፍ ወይትቀነው በቅንዋት አው እንዘ ይመውት በፈቃዱ ወየዐቅብዎ በውስተ መቃብር ከመ ምውታን ኢተሐሊ እሎንተ ዘሥጋ ባሕቲቱ ። ማቴ ፬፡፪-፲፰። ፰፡፳፬። ዮሐ ፬፡፮። ፲፱፡፩-፵፪።	24 ነዚ ወደይ፡- ክጠሚ፡ ክጸምእ፡ ክድቅስ፡ ክደክም፡ ክድይብ ክወርድ ወይ ክግረፍ፡ ብሽንካር ክሽንከር ወይ ብፍቓዱ ክመውት፡ ከም ምውታን ውን ኣብ መቓብር ክሕልውዎ እንተ ርኣዮ እዚኣም ናይ ሥጋ ጥራይ ጌርካ ኣይትሕሰብ። ማቴ 4፡2-18። 8፡24። ዮሓ 4፡6። 19፡1-42 ።
፳፭ ወሶበ ርኢኮ ለዝንቱ ወልድየ እንዘ ይፈውስ ድውያነ ወያነጽሕ እለ ለምጽ በቃሉ ወይገብር አዕይንተ እምጽቡር ወይፈጥር ዳግመ መልክዐ በፈቃዱ።	25 ነዚ ወደይ፡- ንዝሓመሙ ከሕዊ፡ ብለምጻ ዝተወቐዑ ብቃሉ ከንጽሕ፡ ጸብሪ ለኽዩ ዓይኒ ክፈጥር ከምኡ ውን መልክዕ ብፍቓዱ ክፈጥር እንተ ርኣዮ፡
፳፮ ወያጸግብ ለ፶፻ ብእሲ እምፅቡቱ ኅብስት ወየኀብኦ በተግሣዉ ለቀላየ ባሕር ዘይኬልሕ ወይትሌዐል ወመዋግዲሁ እስከ ሰማያት ወየሐውር በእገሪሁ ዲበ ልኅት በከመ የሐውር ዲበ ምድር ወይቴሐቱ ሎቱ አድባር ወይትኤዘዙ ሎቱ አጋንንት ወይኤዝዞሙ ከመ አግብርት ኢተሐሊ ዘንተ ለመለኮት ለ፩ዱ ባሕቲቱ። ማቴ ፩፡፳፫-፳፭። ፲፡፩-፵፬። ዮሐ ፮፡፩-፳፭። ፱፡፩-፰። መዝ ፻፵፰(፻፵፯)፡፯-፲፫።	26 ሓሙሽተ እንጀራ ኣበርኪቱ ንሓሙሽተ ሽሕ ሰባት ክምግብ፡ ማዕሰሉ በርቲዑ ክሳዕ ሰማይ ንዝበጽሐ ዓሚቑ ባሕሪ ገሚዑ ከህድእ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ከምዝኸይድ ብእግሩ ነቲ ማይ እናረገጸ ክኸይድ፡ እምባታት ክሰግዱሉን ኣጋንንቲ ክእዘዙሉን ከም ኣገልገልቲ ውን ክእዝዞም እንተ ርኣዮ እዚ ንመለኮት ጥራይ ዚብካ ኣይትዛረብ። ማቴ 1፡23-24። 8፡1-44። ዮሓ 6፡5-25። 9፡1-8። መዝ 148(147)፡7-13።
፳፯ ኢተሐሊ ልዑላተ ምግባራተ ለ፩ዱ ባሕቲቱ ወዘይቴሐት ለካልኡ አላ ዝንቱ ወዝክቱ ኮሉ ለዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ቦቱ ኮሉ ዘመለኮት ወዓዲ ቦቱ ኮሉ ዘትስብእት።	27 ሥራሕ ተኣምራት ንሓደ ጥራይ፡ ሥራሕ ድኻም ድማ ንካልኣ ጥራይ ዚብካ ኣይትዛረብ። እዚ ኮነ እቲ ኮሉ ሓደ ንርእሱ ጥራይ እዩ። ኮሉ ሥራሕ ኣምላኽነት ገንዘቡ እዩ፡ በዚ ውን ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ገንዘቡ እዩ።
፳፰ ቦቱ ተአምራት ወዓዲ ቦቱ ሕማማት ወውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ይገብር ተአምራተ በመለኮት ወይትዌከፍ ሕማማተ በትስብእት።	28 ተኣምራት ምግባር ገንዘቡ እዩ፡ መከራ ምቕባል ውን ገንዘቡ እዩ። ንሱ ሓደ ጥራይ ኣምላኽ ከም ምኻኑ ተኣምራት ይገብር፡ ሰብ ከም ምኻኑ ውን መከራ ይቕበል።

ዘጎርጎርዮስ ም.ዿ፩

ክፍል ፫

፳፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አብ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኦሲስ እጉሁ ለባስልዮስ ዐቢይ በእንተ ነገረ ጳውሎስ ሐዋርያ ዘይቤ በውስተ መልእክቱ ኀበ ሰብአ ፊልጵስዩስ።

፴ ሐልዩ ዘንተ በአልባቢክሙ ዘኮነ ቦቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘውእቱ አርአያ እግዚአብሔር አኮ ሐይዶ ዘኮነ ዕሩየ ምስለ እግዚአብሔር አላ አትሐቶ ርእሶ ከመ ገብር ወነሢአ አርአያ ገብር። ፊልጵ ፪፡፭-፯።

፴፩ ምንት ውእቱ ንዴት ዘይከውን ቅድመ እግዚአብሔር ፈድፋደ እምግብርናት ወባሕቱ ኢኮነ ሕፁፀ ቅድመ እግዚአብሔር ግሙራ ሶበ ወረደ ውስተ ሱታፌ ዚአነ እንዘ ውእቱ ንጉሠ ነገሥት ወእግዚአ አጋዕ ዝት ወለብሰ አርአያ ገብር።

፴፪ ለዘይኬንና ለምድር ተቃፀብዎ ክቡራነ ዘመድ ወእግዚአ ኮሉ ፍጥረት ኢረከበ መካነ ኀበ የኀድር ውስቴቱ አላ ሶበ ተወልደ በሥጋ አስከብዎ በኀለ እንስሳ።መዝ ፹፬(፹፫)፡፩። ፺፬(፺፭)፡፪። ፺፮(፺፭)፡፲፫። ማቴ ፰፡፳።ሉቃ ፪፡፩-፯።

፴፫ ወንጹሕ ዘኢይማስን ተወክፈ ህላዌ እጓለ እመሕያው ዘይማስን ወተወክፈ ንዴተ ወኢያትረፈ እምንዴት እስከ በጽሐ ለሞት። መዝ ፲፪(፲፩)፡፮። ፊልጵ ፪፡፰።

፴፬ ወለመኰንን አብጽሕዎ ውስተ ዓውደ ምኵናን ንጉሠ ኮሉ ኃይላተ ሰማያት ገብአ ውስተ እደ ኃጥአን ወሕይወት ጥዕመ ሞተ። ማቴ ፲፯፡፳፪። ዕብ ፪፡፭-፲።

❖ ❖ ❖

ዘጎርጎርዮስ ም. 35

ክፍሊ 3

29 ደጊሙ ውን እዚ ኃዉ ንዓቢይ መምህር ባስልዮስ ዝኾነ ኤጲስቆጶስ ናይ ኑሲስ ዝነበረ ቅዱስ አቦ ጎርጎርዮስ፡ ብዛዕባ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ንዝበሎ ከምዚ በለ።

30 ንእግዚኣብሔር ኣብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተሻነሎ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነሉ ሥራሕ ብልብኹም ፍለጡ። ፈትዩ መንዚዑ ምስ እግዚኣብሔር ዝተመዓራረየ ኣይኮነን። ርእሱ ኣትሒቱ፡ ሰብ ኮይኑ ናይ ግዙእ ባህርይ ተዋሓሒዱ እዩ እምበር። ፊል 2፡5-8።

31 እንትርፎ ሥጋ ምውሕሓድ፡ ካብዚ ዝበልጽ ኣብ እግዚኣብሔር እንታይ ድኅነት ኣሎ፧ ግና ንሱ ንነገሥታትን ንመኳንንትን ዝገዝእ ከሎ፡ ነኣና ንክመስል ኣብ ዝመጸሉን ናይ ግዙእ ባህርይ ኣብ ዝተዋሓደሉን ጊዜ ካብ አብን መንፈስ ቅዱስን ኣይነኣሰን።

32 ምድሪ ንዝፈጠረ ንእኡ፡ ብትውልዲ ካብኡ ንበልጽ ኢና ዝብሉ እኒ ቀያፋ ተሣለቕሉ። ኃኾሉ ፍጥረት ዝገዝእ ንሱ መዕረፊ ሥፍራ ኣይረኸበን። ብሥጋ ምስ ተወልደ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀስዎ እምበር። መዝ 24(23)፡1። 94(93)፡2። 96(95)፡13። ማቴ 8፡20። ሉቃ 2፡1-7።

33 ዘይልወጥ ንጹሕ ቃል፡ ኑቲ ዝልወጥ ባህርየ ሰብ ተዋሓደ። ሥራሕ ሰብ ውን ገንዘቡ ገበረ።ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ክሳዕ ምፍላይ በጺሑ ትሕትና ኣብዚኑ ገበረ። መዝ 12(11)፡6። ፊል 2፡8።

34 ብነፍስን ሥጋን ንዝፈርድ ንእኡ ናይ መወዳእታ ሞት ናብ ዝፍረደሉ ኣደባባይ ኣውጽእዎ። ሊቃነ መላእክቲ ፈጢሩ ንዝገዝእ ንሱ ብኢድ ኃጥኣን ተታሃዘ። እቲ ሕይወት ንሱ ሞተ። ማቴ 17፡22። ዕብ 2፡5-10።

❖ ❖ ❖

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፮	ዘጎርጎርዮስ ም.36
ምዕራፍ ፴፮ ክፍል ፬	ምዕራፍ 36 ክፍሊ 4
፩ ድርሳን ዘደረሰ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ በእንተ ንስሓ ወዘከመ ይረክብ ተድላ ወዕረፍተ ዘይኔስሕ እምኃጢአቱ።	1 እዚ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ፡ ብዛዕባ ምንሳሕ ከምዝግባእ ከምኡ ውን ካብ ኃጢኣቱ ዝምለስ ሰብ ተድላን ዕረፍትን መንግሥተ ሰማያት ከምዝወርስ ዝነገረሉ ድርሳን እዚ እዩ።
፪ ቡሩክ እግዚአብሔር በኵሉ ግብሩ ወስቡሕ ጥቀ በኵሉ ንባበ በሐውርት ወልሳን ዘአምጽአነ እምጎበ ኢሀልዎ ጎበ ሀልዎ አፍቂሮ ኪያነ። ዘፍጥ ፩፡፳፮። መዝ ፵፰(፵፯)፡፲። ፻፵፭ (፻፵፬)፡፯-፲፫። ዳን ፯፡፱-፲፬ ።	2 እግዚአብሔር ብኵሉ ሥራሑ ዝኸበረ እዩ። ብናይ በብሃገሩ ኣዘራርባ በብቑንቑኡ ፈጺሙ ዝተመስገነ እዩ። ነኣና ኣፍቂሩ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡ ዝፈጠረ ንሱ እዩ። ዘፍጥ 1፡26። መዝ 48(47)፡10። 145(144)፡7-13። ዳን 7፡9-14።
፫ ወእምዝ አስተቀጸለ ጌራ መንግሥት ዘለዓለም ዘሥርግው በኵሉ አዕናቄ ክብር ዘይሄሉ ዘልፈ ዘውእቶሙ ቃላት ዘተናገሮሙ በልሳነ ነቢይ ክቡር ገባሬ መንክራት ዐበይት ዘአንሶሰወ ከመ እንተ የብስ ማዕከለ ባሕር።	3 ብድጎርዚ ዘለዓለም ብዝነብር፡ ብኵሉ ኣዕናቑ ክብሪ ዝተሰለመ እንጌራ መንግሥቲ ውልድነት ዓደለና። እዚኣቶም ድማ ቡቲ ክቡርን ዓበይቲ ተኣምራት ዝገበረን ከምኡ ውን ከም ንቑጽ ምድሪ ብማእከል ባሕሪ ዝኸደ ብነቢይ ሙሴ ዝተዛረቦም ቃላት እዮም።
፬ ወኢርሕሳ እገሪሁ ወኢረጥባ አልባሲሁ ዘከመ ፫ቱ ደቂቅ ዘኢውዕያ እገሪሆሙ በእሳት ወኢፄነወ አልባሲሆሙ በፄና ጢሰ ፒሳ ወላህበ እሳት። ዳን ፫፡፩-፴።	4 ኣእጋሩ ኣይረሓሱን ክዳውንቱ ውን ኣይጠልቀዩን። ከምቶም ኣእጋሮም ብሓዊ ዘይነደዱ፡ ክዳውንቶም ውን ብሽታ ዋዕ ይን ዲን ትኪ ዘይተለወጠ ከም ሠለስቱ መንእሰያት እዩ። ዳን 3፡1-30።
፭ ወባሕቱ ዝንቱ ነቢይ ዐቢይ ቦአ ማዕከለ ልኳት ወአኀለፈ ምስሌሁ ሕዝበ ዐቢየ ወአማሰነ አጽራሪሆሙ ውስተ ዕመቅ።ዘፀአ ፲፬፡፩-፳፰።፩ቆሮ ፲፡፩-፭።	5 እንተኾነ ግና እዚ ዓቢይ ነቢይ ናብ ዓሚቕ ባሕሪ ኣተወ፡ ብዙኅ ሕዝቢ ውን ምስኡ ኣሳገረ። ጸላእቶም ውን ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ኣስጠመ። ዘፀ 14፡1-28። 1ይ ቆሮ 10፡1-5።
፮ ዝንቱ ነቢይ ዘተናገሮ እግዚአብሔር ገጸ በገጽ ዘከመ ይትናገር ብእሲ ምስለ ቢጹ ዝንቱ ነቢይ ዘአውፅአሙ ለደቂቀ እሥራኤል እምቅንየተ ግብጻውያን። ዘፀአ ፫፡፩-፳። ግብ ሐዋ ፯፡፴፩-፴፪።	6 እዚ ነቢይዚ ከምቲ ሰብ ምስ ብጻዩ ዝዘራረብ እግዚኣብሔር ድማ ቓል ብቓል ዝተዛረቦን ገጽ ብገጽ ዝተራእዮን እዩ። ንደቂ እሥራኤል ውን ካብ መግዛእቲ ግብጻውያን ናዋ ዘውጽኣ ነቢይ እዩ። ዘፀኣ 3፡1-8።ግብ ሓዋ 7፡35-38።
፯ ዝንቱ ነቢይ ዘከሠተ ተአምረ በግብጽ ዝንቱ ነቢይ ዘተአዘዙ ሎቱ ኵሎሙ ፍጡራን ዘከመ ሐለየ በልቡ ሜጠ ለማየ ባሕር ለከዊነ ደም በሕሊና ልቡ እንዘ ኢይትናገር በአፉሁ አላ አልዐለ እዴሁ ጎበ ባሕር ተመይጠ	7 ኣብ ግብጺ ተኣምራት ዝገበረ እዚ ነቢይ እዚ እዩ። ኵሎም ፍጡራን ዝተኣዘዝሉ እዚ ነቢይ እዚ እዩ። ልቡ ከምዝፈተዎ ብልሳኑ ከይተዛረበ ብልቡ ሓሲቡ ነቲ ባሕሪ ደም ናብ ምኻን ለወጠ። ኢዱ ናብቲ ባሕሪ ኣመልከተ እቲ ማይ ውን

ዘጎርጎርዮስ ም.ዕጌ	ዘጎርጎርዮስ ም.36
ወኮነ ደመ። ዘፀአ ፯፡፲፬-፳፭። መዝ ፸፰(፸፯)፡፵፫-፵፬።	ተለዊጡ ደም ኮነ። ዘፀአ 7፡14-21። መዝ 78(77)፡43-44።
፰ ዝንቱ ነቢይ ዘፈነወ ላዕለ ግብጻውያን ቈርነዐተ ወአኰተ ወትንንያ ወአንበጣ ወፍጡነ አእተተ እምኔሆሙ ዘንተ ኮሎ ዝንቱ ነቢይ ዘኮነ ሎቱ ስምዐ እግዚአብሔር እንዘ ይብል እስመ ገብርየ ሙሴ የዋህ ፈድፋደ እምኮሎሙ እለ ሀለዉ ዲበ ምድር በመዋዕሊሁ። ዘፀአ ፰፡፭-፴። ፲፡፭-፳። ዘጎል ፲፪፡፫-፱። መዝ ፸፰(፸፯)፡፵፭-፵፱። ፻፭(፻፬)፡፳-፴፱	8 እዚ ነቢይዚ ናብ ግብጻውያን ቀሮያባት፡ ተናኸስቲ ጽንጽያ፡ ቃቕጣን ኣንበጣን ዝሰደደ እዩ። እዚ ኮሉ ካብኣቶም ቀልጢፉ ዘርኃቕሎም ውን እዚ ነቢይዚ እዩ። እግዚኣብሔር ውን ኣብ ዘመኑ ኣብዚ ዓለምዚ ካብ ዘለዉ ኮሎም ንላዕሊ ባርያይ ሙሴ ዓቢይ እዩ፡ ክብል ዝመስከረሉ እዩ። ዘፀ 8፡1-30። 10፡1-20። ዘጎል 12፡3-9። መዝ 78(77)፡45-49። 105(104)፡20-39።
፱ ዝንቱ ነቢይ ዘይቤሎ እግዚአብሔር እስመ አነ ረሰይኩከ አምላከ ፈርያን ዝንቱ ነቢይ ዘአሕጐለ ማኅበረ ቆሬ በእሳት ወአውረዶሙ ለእለ ተለውዎሙ ሕያዋኒሆሙ ውስተ ሲኦል። ዘፀአ ፯፡፩። ዘጎል ፲፮፡፩-፴፬። መዝ ፻፮(፻፭)፡፲፮-፲፰ ።	9 እግዚኣብሔር ኣነ ኣምላክ (ገዛኢ) ፈርያን ገበርኩኻ ዝበሎ ነዚ ነቢይዚ እዩ። ንሰዓ ብቲ ቆሬ ብሓዊ ዘንደደ፡ ነቶም ብግብሪ ዝመሰልዎም ንዳታንን ንኣቤሮንን ድማ ብሕይወት ከለዉ ናብ ሲኦል ዘውረዶም እዚ ነቢይ እዩ። ዘፀአ 7፡1። ዘጎል 16፡1-34። መዝ 108(105)፡16-18።
፲ ዝንቱ ነቢይ ዘሰአለ በእንተ አእላፍ ብዙኃን እምደቂቀ እሥራኤል ብዙኃ ጊዜያተ ወአእተተ እግዚአብሔር እምኔሆሙ መዓተ በስእለቱ ዝንቱ ነቢይ ዘከሠተ ቦቱ እግዚአብሔር ኀይሎ በግብጽ። ዘጎል ፲፮፡፵፩-፬። መዝ ፻፮(፻፭)፡፳፫። ሮሜ ፱፡፲፮።	10 ካብ ወገን ደቂ እሥራኤል፡ ምእንቲ ብዙኃት ሰባት ብዙኅ ጊዜ ዝለመነ እግዚኣብሔር ድማ ብናቱ ኣማላድነት ካብኣም መቐሠፍቲ ዘርጎቐ እዚ ነቢይ እዩ። እግዚኣብሔር ኣብ ግብጺ ኃይሉ ዝገለጸሉ ነቢይ እዚ እዩ። ዘጎል 16፡45-50። መዝ 106(105)፡ 23። ሮሜ 9፡17።
፲፩ ዝንቱ ነቢይ ዘአውጽኦሙ ለደቂቀ እሥራኤል በእዴሁ እምግብጽ በሠርገ ወርቅ ወብሩር ዝንቱ ነቢይ ዘተመጠወ ክልኤተ ጽላተ እምሰማይ እለ ኢተገብሩ በእደ እጓለ እመሕያው ወውስቴቶሙ ጽሑፍ መጽሐፍ በአጽባዕተ እግዚአብሔር ዘውእቱ ሕግ ወትእዛዝ ዝንቱ ነቢይ ዘተናገረ እግዚአብሔር በልሳኑ ከመ ውእቱ ገብሮ ለእጓለ እመሕያው በአርአያሁ ወበአምሳሊሁ ። ዘፀአ ፴፪፡፲፭-፲፯። ዘዳግ ፱፡፰-፲፱።ግብ ሐዋ ፯፡፴፰-፵፪።	11 ንደቂ እሥራኤል ብስልማት ወርቅን ብሩርን ብቓሉ ካብ ግብጺ ዘውጽኦም ነቢይ እዚ እዩ። ብኢድ ሰብ ዘይተቐርጸ ብኣፃብዕ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፉ ክልተ ጽላት ካብ ሰማይ ዝተቐበለ ነቢይ እዚ እዩ።እዚ ከኣ ሕግን ትእዛዛትን እዩ። እግዚኣብሔር ንሰብ ብመልክዑን ከም ምስሉን ከምዝፈጠሮ፡ ብቓሉ ዝነገሮ ነዚ ነቢይ እዚ እዩ። ዘፀአ 32፡15-17። ዘዳግ 9፡8-19።ግብ ሐዋ 7፡38-42።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፮	ዘጎርጎርዮስ ም.36
፲፪ ምንትኑ ይከብር እምዝንቱ መዓርግ ወአይ ምክሕ የዐቢይ እምኮሉ ትምክሕት ከመ ይንብብ እግዚአብሔር በልሳነ ሊቀ ነቢያቲሁ ወይኩን ስምዐ ከመ ውእቱ ገብሮ ለእጓለ እመሕያው በአርአያሁ ወበአምሳሊሁ ። ዘፍጥ ፩፡፳፮።	12 ካብዚ ክብር'ዚ ዝበልጽ ክብሪ እንታይ ኣሎ፡ ካብዚ ትምክሕቲዚ ዝበልጽ እንታይ ዘመክሕ ነገር ኣሎ፡ እግዚኣብሔር ብልሳን ሊቀ ነቢያት ኝክዛረብ፡ ንሰብ ብመልክዑን ከም ምስሉን ከምዝፈጠሮ መስካሪ ካብ ምኗን ዝበልጽ ዘመክሕ እንታይ ትምክሕቲ ኣሎ፡ ዘፍጥ 1፡26።
፲፫ ዝንቱ ውእቱ መዓርገ ትምክሕት ዝንቱ ውእቱ አዕናቄ ክብር ዘአልቦቱ ሜጥ አዕናቀ መንፈሳውያን ሉዐላውያን ዘአሠርገወ ቦሙ እግዚአብሔር ጌራ ዘአስተቀጸለነ ቦቱ ወአጎየለነ ወአሠልጠነ ወረሰየነ ከሀልያነ ለሕይወት ዘለዓለም ዘልፈ ወለዕረፍት ዘለዓለም።	13 ዘሐብን ክብሪ እዚ እዩ። ዋጋ ዘለዎ ኣዕናቄ ክብር እዚ እዩ። ንኮሉ ኝንስዕ ርን ኣብ ልዕሊ ኮሉ ኝንስልጥንን ዝገበረ፡ ኮሉ ጊዜ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምንባርን ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ምርካብን ኝክንክእል ዝደፍኣልና ኣኽሊል፡ እግዚኣብሔር ዘጌጸሎም ልዑላን መንፈሳውያን ኣዕናቀ እዮም።
፲፬ ንሕነሰ አብደርነ ሞተ እምሕይወት ወኃሣረ እምነ ተድላ በፈቃድነ ወበተወክፎተ አስፍጦተ ፀርነ ወወደቅነ በፍትወትነ ውስተ ደዌያት ዘያማስን ወይወስድ ውስተ ኮነኔ ዘአልቦቱ ማኅለቅት።	14 ንሕና ግና ብፍቓድና ንምትላል ጸላኢና ዲያብሎስ ብምኞባልና፡ ካብ ሕይወት ንሞት፡ካብ ተድላን ሓጐስን ንኅሥረት መሪጽና፡ ቡቲ ፈቲና ዝኃማእናዮ ናብ ፍጻሜ ዘይብሉ ናብ ዘለዓለም ኮነኔ ዝወስድን ዝጐድእን መከራ ወደኞነ።
፲፭ ወውእቱሰ ኢገደፈነ ለግሙራ አላ ተወክፈነ በክሂሎቱ ወአቅረበነ ኀቤሁ በዕበየ ሣህሉ ወምሕረቱ።ኤፌ ፪፡፲፰።	15 ንሱ ግና ፈጺሙ ኣይኃደገናን፡ ቡቲ ከሃልነቱ ተቐበለና፡ ብብዝኂ ምሕረቱን ለውሃቱን ውን ናብኡ ኣቕረበና ደኣ እምበር። ኤፌ 2፡18።
፲፮ ወኢፈቀደ እንከ ንትገደፍ ግብረ እደዊሁ ዳእሙ በብዝኀ ሣህሉ ወምሕረቱ ፈነወ ለነ ቃሎ ዘገብረ ሎቱ ኮሎ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ እለሰ ያስተርእዩ ፍጡራን እለ ይትገሀሡ እሙንቱ ወእለኒ ኢያስተርእዩ ፍጡራን መንፈሳውያን እሙንቱ። መዝ ፻፭(፻፮)፡፳። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	16 እምበኣር ፍጡራት ኣእዳዉ ወዲቕና ኝክንተርፍ ኣይፈተውን፡ ቡቲ ብዝኂ ለውሃቱን ይቕሬታኡን ነቲ ዝረአን ዘይረአን ኮሉ ዝፈጠረሉ ኣካላዊ ቃሉ ለኣኸልና ደኣ እምበር። ዝረኣዩ ፍጡራን ዝበሎም እዮም ዝድኅሠሡ እዮም፡ እዮም ዘይረኣዩ ፍጡራን ዝበሎም ድማ ረቂቕን መላእኽቲ እዮም። መዝ 107(106)፡20። ዮሐ 1፡1-14።
፲፯ ወበከመ አቅደመ ነጊረ በአፈ ነቢያቲሁ ቅዱሳን ውእቱ ቃል ቀዳማዊ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል።	17 ኣቐዲሙ ብቓል ቅዱሳን ነቢያት ከምዝበሎ፡ ካብኦም ዝተመስገኡ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ቀዳማዊ ቃል ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ተዋሓደ።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፮	ዘጎርጎርዮስ ም.36
፲፰ ወትሥጉቱሂ ምሥጢር ዘኢይትረከብ ወኢይትነገር ትሥጉት እሙን ወአኮ ምትሐት አላ ፈጠረ ለቱ ሥጋ ዘይትዔረይ ምስሌነ በተወክፎ ሕማማት ረጎብ ወጽምእ ወድካም በፈቃዱ ወበሥምረተ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ በከመ ስምዓ ኮኑ ወንጌላውያን ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፳፮-፴፱። ዮሐ ፩፡፲ ። ፲፱፡፳፰	18 ሰብ ምኁኑ ሓቀኛ ዘይምርመርን ዘይንገርን ምሥጢር እዩ። ሰብ ምኁኑ ውን ሓቀኛ እዩ እምበር ምትሓት ኣይኮነን። መከራን ጥሜትን ንጽምእን ድኻምን ብምቕባል ምሳና ሓደ ዝኾነ ሥጋ ብፍቓዱን ብፍቕድ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ፈጢሩ ተዋሓደ ደኣ እምበር፡ ወንጌላውያን ከምዝመስከርዎ። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡26-39። ዮሓ 4፡6። 19፡28።
፲፱ ወትርጓሜሁ ለቃል ከመ ውእቱ ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወአኮ ለመንፈስ ቅዱስ ቦቱ ሥጋ ወኢፍጡር ውእቱ በከመ ይሔልዩ ሰብእ ዐላውያን ወከሐድያን አላ መንፈስ ቅዱስ ቀደሰ ወአንጽሐ ሥጋሃ ለማርያም ወረሰያ ድሉተ ለተወክፎ ቃለ አብ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፩። ሉቃ ፩፡፴፭-፴፯።	19 ቃል ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰብ ምኁኑ ዝተነግረ ትርጕም፡ እቶም ከሓድያን መናፍቓን ከምዝሓስብዎ ንመንፈስ ቅዱስ ሥጋ ነይርዎ ወይ ከኣ ዝተፈጥረ ኮይኑ ኣይኮነን። መንፈስ ቅዱስ ንሥጋ ማርያም ኣንጽሐን ቀደሰን ንናይ አብ ኣካላዊ ቃል ውን ንምፅናስ ብቕዕቲ ገበራ እምበር። ማቴ 1፡18-21። ሉቃ 1፡34-37።
፳ ወአስተዋሐደ ሥጋ እንተ ነሥአ ቃል እምኔሃ ምስለ መለኮቱ በፈቃደ አብ ወበሥምረቱ ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ ተዋሕዶ እሙነ ወአኮ ምትሐተ ወረሰዮ ምስሌሁ ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ ሥምረተ ወ፩ደ ፈቃደ ወ፩ደ አካለ ዘእግዚአብሔር ወልድ ወቦቱ ኮሉ ዘመለኮት በመለኮቱ ቀዳማዊ ወዓዲ ቦቱ ዘትስብእት ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ በህላዌ ትስብእት ዘነሥአ እምኔነ ወኮነ ምስሌሁ ፩ደ ህላዌ። ዮሐ ፫፡፴፭ ።	20 ቃል ኑቲ ካብኣ ዝወሰዶ ሥጋ ብፍቓድ አብ፡ ብፍቓዱን ብፍቕድ መንፈስ ቅዱስን ሓሶት ብዘይኮነ ሓቀኛ ተዋሕዶ ምስ መለኮቱ ኣዋሓዶ። ምስኡውን ሓደ ባህርይ ሓደ ፍቓድ ሓደ ሥልጣን ሓደ ናይ እግዚኣብሔር ወልድ ኣካል ገበሮ። ቡቲ ቀዳማይ ባህሪኡ ኮሉ ሥራሕ ኣምላኽ ገንዘቡ እዩ። ከምኡ ድማ ቡቲ ካብኣ ዝወሰዶ ምስኡ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ቡቲ ባህርይ ሥጋ ብዘይካ ኃጢኣት በይና ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ገንዘቡ እዩ። ዮሓ 8፡46።
፳፩ ዝንቱ ውእቱ ዘሰገደ ለቱ ዮሐንስ እንዘ ሀሎ ውሰተ ከርሠ እሙ ዝንቱ ውእቱ ዘሰብሐዎ መላእክት በጊዜ ልደቱ ዝንቱ ውእቱ ዘሰበኩ ኖሎት ልደቶ ዝንቱ ውእቱ ዘመጽኡ ኀቤሁ ሰብአ ሰገል በጊዜ ልደቱ ዘምስለ አምኃ ወሰገዱ ለቱ እንዘ ይብሉ ከመ ውእቱ ንጉሠ አይሁድ። ሉቃ ፩፡፴፱-፶፭። ማቴ ፪፡፩-፲፪።	21 ኣብ ማኅፀን ኣደኡ ከሎ ዮሓንስ ዝሰገደሉ እዚ እዩ። ምስ ተወልደ ውን መላእኽቲ ዝመስገንዎ እዚ እዩ። ንሶት ልደቱ ዝተዛረቡሉ እዚ እዩ። ከምኡ ውን ምስ ተወልደ ሰብ ጥበብ ኣምኃ ጌዞም ብምምጻእ ንጉሥ ኣይሁድ ከምዝኾነ እናተዛረቡ ዝሰገዱሉ እዚ እዩ። ሉቃ 1፡39-45። ማቴ 2፡1-12።
፳፪ በእንተ ዝንቱ ወበዘይመስሎ ይቤሉ መጻሕፍት እስመ ውእቱ ተመሰሎሙ	22 ብዛዕባ እዚን ዝመሰሎን መጻሕፍቲ፡ ንሶ ቡቲ ኮሉ ዝሥርሓ ንኣኳዋቱ ከም ዝመስሎም ይነግሩ። እምበር

ዘኅርኅርዮስ ም.፴፮	ዘኅርኅርዮስ ም.36
በኵሉ ለአኀዊሁ ወእፎመ እምኵነ ንጉሠ አይሁድ እንዘ ውእቱ ፈጣሬ ሰማያት ወምድር ።ዕብ ፪፡፲፪-፲፯	ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ከሎ ከመይ ኢሉ ንጉሥ ኣይሁድ ምተባህለ ነይሩ፡ ዕብ 2፡12-17።
፴፫ ዝንቱ ውእቱ ዘበእንቲአሁ አስተርአዮ መልአክ ለዮሴፍ ወይቤሎ ተንሥእ ንሣእ ሕፃነ ወእሞ ወሑር ብሔረ ግብጽ ። ማቴ ፪፡፲፫-፲፱።	23 ብዛዕባኡ ንዮሴፍ ተገሊጹ፡ ተንሥእ ነቲ ሕፃንን ነዲኡን ኂዝካ ናብ ግብጺ ኪድ ክብል ዝተዛረበሉ እዚ እዩ። ማቴ 2፡13-19።
፴፬ ርኢኩ ዘከመ እፎ ሎቱ ፪ቱ ግብራት ኅቡረ ዝንቱ ውእቱ እግዚአብሔር ወውእቱ ብእሲ ፩ዱ ውእቱ ወኢኮነ ፪ተ ኢያፍለሰ ፈጣሪ መለኮቶ ለከዊነ ፍጡር ወኢያፍለሰ ትስብእቶ ፍጡረ ለከዊነ ፈጣሪ ውእቱ ፩ዱ ክመ ወኢኮነ ፪ተ።	24 ክልተ ግብራት ብእኡ ሓደ ከምዝኾኑ ርኢኻዶ፡ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ንሱ እዩ። ሓደ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን። ፈጣሪ ነቲ መለኮቱ ናብ ፍጡር ምኻን ኣይለወጠን። ነቲ ፍጡር ሥጋ ውን ናብ ፈጣሪ ምኻን ኣይለወጠን። ኵሉ ሳዕ ሓደ ጥራይ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን።
፴፭ ወዝውእቱ ዘለብሰ አርአያ ገብር ወነድየ ከመ ንብዐል ንሕነ በንዴተ ዚአሁ ዝንቱ ዘተዐገሠ ሕማመነ ወፆረ ደዌነ ወነሥአ ጌጋየነ ወሥዐ ርእሶ በእንቲአነ መሥዋዕተ ንጹሐ ውእቱ ካህን ዘለዓለም። ኢሳ ፶፫፡፩-፲፩። ፊል ፪፡፭-፱። ዕብ ፯፡፲፱-፳፭። ፩፡፲፪-፳፩።	25 ናይ ግዙእ ባህርይ ዝተዋሓደ፡ ብትሕትናኡ ንሕና ኽንከብር ዝተዋረደ ንሱ እዩ። ሕማምና ዝተዓገሠ፡ ደዌና ዝተሸከመ፡ በደልና ዝተቐበለ፡ ምእንታና ውን ንርእሱ ዘይኅልፍን ዘይልወጥን መሥዋዕቲ ገይሩ ዘቐረበ፡ ዘይሠዓር ዘይልወጥ ካህን ንሱ እዩ።ኢሳ 53፡1-11። ፊል 2፡5-9። ዕብ 7፡19-28። 1፡12-21።
፴፮ ወውእቱ በግዐ መሥዋዕት ወውእቱ ካህን ሠዋዒ ወውእቱ ተወካፌ መሥዋዕት ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ። ዮሐ ፩፡፳፱። ዕብ ፱፡፲፩-፳፰።	26 ዝሥዋዕ በጊዕ ንሱ እዩ፡ ዝሥውዕ ካህን ንሱ እዩ። ምስ ባህርይ አቦኡ እብን ምስ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስን መሥዋዕቲ ዝቐበል ንሱ እዩ። ዮሓ 1፡29። ዕብ 9፡11-28።
፴፯ ዝንቱ ውእቱ ዘተወክፈ ሕማመ በሥጋሁ በፈቃዱ ወተዐገሠ ኵሎ ሕማማተ መጽአ ይጠባሕ ከመ በግዕ ወከመ በግዕ ዘኢይነብብ በቅድመ ዘይቀርፆ ኢከሠተ አፉሁ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ። ኢሳ ፶፫፡፯-፱። ግብ ሐዋ ፰፡፴፪-፴፫። ፩ጴጥ ፪፡፳፩-፳፭።	27 ብፍቓዱ ንመከራ ብሥጋኡ ዝተቐበለ፡ ኵሉ መከራ ውን ዝተዓገሠ ንሱ እዩ። ከም በጊዕ ክሥዋዕ መጸ፡ ኣብ ቅድሚ መቓዚኡ ስቕ ከምዝብል በጊዕ ውን ኣፉ ኣይከፈተን። ኣብ ዘረባኡ ሓሶት ኣይተረኽበን። ኢሳ 53፡7-9። ግብ ሓዋ 8፡32-33። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።
፴፰ ወወሰድዎ ሕሙዮ ውስተ ዐውደ ምኵናን ወይፈትሑ ላዕሌሁ መኳንንት ዐማፅያን ወፈደይዎ እኪተ ህየንተ ሠናያት ።መዝ ፴፮(፴፯)፡፲፭-፲፱። ዮሐ ፩፡፴፬-፴፰። ፲፩፡፵፱-፶፪። ፲፰፡፳፩።	28 ኵርንኵራት ኣሚሮም ናብ ኣደባባይ ፍርዲ ወሰድዎ። እቶም ዓማጽያን መኳንንቲ ንሞት ፈረድዎ፡ ጽቡቕ ክንዲ ዝገበረሎም ክፉእ መለሱሉ። መዝ 35(34)፡11-12። ዮሓ 1፡32-33። 11፡49-52። 15፡25።
፴፱ ወተዐገሠ በኵሉ እስከ በጽሐ ለሞት ወሞቱሂ ዘበመስቀል ወኢከሠተ አፉሁ	29 ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ክሳዕ ምፍላይ በጽሑ ብኵሉ መከራ ተዓገሠ። ሞቱ ውን ኣብ

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፮	ዘጎርጎርዮስ ም.36
፩ደ ቃለ። ማቴ ፳፮፡፲፬። ፊል ፪፡፭-፱።	መስቀል እዩ። ብልሳኑ ሓንቲ ቃል እኳ ኣይተዛረበን።ማቴ 27፡14። ፊል 2፡5-9።
፴ ወርደቱ እመስቀሉ ውስተ ሲኦል ወፈትሐ እለ ሀለዉ ህየ ጻድቃነ ሙቁሐነ በኃጢአተ አዳም አቡሆሙ ወአንሥአነ በጽድቀ ትንሣኤሁ እምነ ሙታን ወአርጎወ ለነ ኖኃተ ንስሓ ። ሮሜ ፬፡፳፭። ፭፡፲፪-፳፩ ።	30 ካብ መስቀሉ ናብ ሲኦል ወረዱ ኣድኃነና። ብበደል ኣቦኣም ኣዳም ኣብ ሲኦል ተኣሲሮም ዝነበሩ ጻድቃን ፈትሐ። ቡቲ ኣቐዲሙ ካብ ሞት ተፈልዩ ዝተንሥኡ ቡቲ ሓቀኛ ትንሣኤ ውን ኣተንሥኣና፣ ኣፍ ደገ ንስሓ ውን ከፈተልና። ሮሜ 4፡25። 5፡12-21።
፴፩ ወወሀበነ መባሕተ ከመ ንጸውየ ለአብ እንዘ ንብል አቡነ ዘበሰማያት ወሰመየነ አኃዊሁ ወተሳተፈነ በሥጋ ወደሙ ። ማቴ ፮፡፱። ፳፭፡፴። ሮሜ ፰፡፲፮። ዕብ ፪፡፲፩-፲፬ ።	31 ንኣብ ናይ ሰማይ አቦና እናበልና ክንጽውያ ሥልጣን ሃበና። ኣኀዋተይ ውን በለና፣ ነፍስን ሥጋን ብምውሓዱ መሰለና። ማቴ 6፡9። 25፡40። ሮሜ 8፡16። ዕብ 2፡11-14።
፴፪ ወዐርገ ውስተ ሰማይ እምድኅረ ርእዩ ትንሣኤሁ ቅድስተ ወንጽሕተ ወእምድኅረ ገሠሠ አሠረ ቅንዋት ዘእደዊሁ ወእገሪሁ ወአሠረ ርግዘተ ገቦሁ በልዐ ወሰትየ ምስሌሆሙ መጠነ ፵ መዐልት ወሌሊት እምድኅረ ትንሣኤሁ። ሉቃ ፳፬፡፵። ዮሐ ፳፡፳-፴። ግብ ሐዋ ፩፡፩-፲፪። ፲፡፵-፵፪።	32 ደቀ መዛሙርቱ ነታ ቅድስትን ንጽሕትን ትንሣኤኡ፣ ኣሰር ሽንካር ኣእዳዉን ኣእጋሩን ድኅሪ ምርኣዮምን ብሾናት ዝተወግአ ጐድኑ ድኅሪ ምድኅሳሶምን፣ ድኅሪ ትንሣኤኡ ውን ን40 ዕለት ዝኣክል ምስኦም ድኅሪ ምብልዑን ምስታዩን ናብ ሰማይ ዓረገ። ሉቃ 24፡40። ዮሐ 20፡20-30። ግብ ሐዋ 1፡1-12። 10፡40-42።
፴፫ በከመ ስምዐ ኮነ ወንጌል ቅዱስ እንዘ ይብል ይቤሎሙ ለአርዳኢሁ አንሰ ኢይሰቲ እምአፂረ ዝንቱ ወይን እስከ አመ እሰትዮ ሐዲሰ ምስሌክሙ በመንግሥተ አቡየ። ማቴ ፳፮፡፳፱-፴።	33 ንደቀ መዛሙርቱ፣ “ኣብ መንግሥቲ ኣቦይ ምሳኻትኩም ኣሐዲሰ ክሳዕ ዝሰትየሉ መዓልቲ ካብዚ ጽማቑ ወይኒ ኣነ ኣይሰትን እየ በሎም” ኢሉ ቅዱስ ወንጌል ከም ዝመስከረ።ማቴ 26፡28-30።
፴፬ ዝንቱ ውእቱ ስታይ ዘይቤሎሙ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ለአርዳኢሁ አንሰ ኢይሰቲ እምዝንቱ አፂረ ወይን እስከ አመ እሰትዮ ሐዲሰ ምስሌክሙ በመንግሥተ አቡየ።	34 ጐይታና ንደቀ መዛሙርቱ፣ ኣብ መንግሥቲ ኣቦይ ምሳኻትኩም ኣሐዲሰ ክሳዕ ዝሰትየላ መዓልቲ ኣነ ካብዚ ጽማቐ ወይኒ እዚ ኣይሰትን እየ ዝበሎም መስተ እዚ እዩ።
፴፭ ወኢየሐሊ መኑሂ ከመ ቦ ለሰብእ እምድኅረ ትንሣኤ መብልዕ ወመስቴ ሥጋዊ ወዳእሙ ገብረ እግዚእነ ዘንተ ከመ ያጽድቅ ትንሣኤ ሥጋሁ ከመ ኢየሐልዩ በሥጋሁ ሙስና ወተውላጠ አእምሩ እስመ አልቦ ድኅረ ትንሣኤ መብልዕ ወመስቴ ሥጋዊ። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬-፴፪።	35 ግና ንሰብ ድኅሪ ትንሣኤኡ ሥጋዊ መብልዕን መስተን ኣለዎ ኢሉ ማንም ኣይሕሰብ። ጐይታና ነዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ኣብ ሥጋኡ ምፍራስን ምብስባስን ኣለዎ ኢሎም ምእንቲ ከይሓስቡ ከምኡ ውን ናይ ሥጋኡ ምትንሣእ ንከረድእ በልዐ ሰተየ እምበር፣ ድኅሪ ትንሣኤ ሥጋዊ መብልዕን መስተን ከምዘየለ ፍለጡ። ግብ ሐዋ 2፡24-32።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፮፡ ፴፯	ዘጎርጎርዮስ ም. 36፡37
፴፮ ወዓዲ ስምዑ ቃሎ ቅዱሰ ዘይቤ እስመ በውእቱ መዋዕል ኢያውስቡ ወኢይትዋሰቡ አላ ከመ መላእክተ እግዚአብሔር ይከውኑ እሙንቱ በሰማያት ወለመላእክትኒ አልቦሙ መፍቅደ መብልዕ ሥጋዊ እስመ ኢኮኑ ሥጋውያነ። ማቴ ፳፪፡፳፰-፴፪። መዝ ፻፬(፻፫)፡፬። ዕብ ፩፡፯-፲፬።	36 ከምኡ ውን እቲ ቅዱስ ቃሉ፡ ቡቲ ጊዜ ትንሣኤስ ኣብ ሰማያት ከምቶም ዘመስግንዎ መላእኽቲ ኮይኖም ይነብሩ እምበር ኣይምርዓዉ ኣየመረዓዕዉ፡ ዝበሎ ስምዑ። ንመላእኽቲ ሥጋዊ መብልዕ ኣየድልዮምን እዩ፡ ከመይሲ ሥጋውያን ኣይኮኑን። ማቴ 22፡28-32። መዝ 104(103)፡4። ዕብ 1፡7-14።
፴፯ ወእምዝ ዐርገ ውስተ ሰማይ በውእቱ ሥጋ እንዘ ይኔጽርዎ አርዳኢሁ ወዓዲ ቦቱ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ። ግብ ሐዋ ፩፡፲፩ ።	37 ኣብ 40 መዓልቲ ደቀ መዛሙርቱ እናረኣይዎ፡ ቡቲ ዝተንሥኣሉ ሥጋ ናብ ሰማይ ዓረገ። ዳግማይ ንጻድቃን ክፈርደሎም፡ ንኃጥኣን ክፈርዶም ቡቲ ዝዓረገሉ ሥጋ ኪመጽእ እዩ።
፴፰ ዝንቱ ውእቱ ዘአርኀወ ለነ ኖኃተ ገነት ዘተዐፅወ በጌጋየ አቡነ አዳም ወአግነሠ ለኪሩብ ዘየዐቅቦ ለዕፀ ሕይወት ወአእተተ እምኔሁ ኮናተ እሳት ወአብጽሐነ ውስተ ዕፀ ሕይወት ወተመጠውነ እምፍሬሁ።	38 ብበደል ኣቦና ኣዳም ዝተዓጽወ ኣፍ ደገ ገነት ዝኸፈተልና፡ ንዕፀ ሕይወት ዝሕሉ ኪሩብ ዘባረሮን ኮናት ሓዊ ካብ ኢዱ ዘርኃቖን፡ ናብቲ ዕፀ ሕይወት ዘብጽሓናን ንሱ እዩ። ፍሬኡ ውን (ሥጋኡን ደሙን) ተቖበልና።
፴፱ ወበጸሐነ ኀበ ዘኢክህለ አቡነ አዳም በጺሖቶ አላ በፈቃደ ርእሱ ተከልአ እምኔሁ ወሜጥነ ገጸነ እምዕፅ ዘያጤይቅ ሠናየ ወእኩየ ወዘይወስድ ውስተ ኃጕል ወቦቱ ቦአ ኃጢአት ላዕለ አዳም ወደቂቁ ።	39 ኣቦና ኣዳም ክበጽሖ ናብ ዘይተካእሎ፡ ብፍቓዱ ተኸልኪሉሉ ናብ ዝነበረ መዓርግ በጸሐና። ክፉእን ጽቡቕን ካብ ዘፍልጥ፡ ናብ ጥፍኣት ካብ ዝወስድ፡ ኣብ ልዕሊ ኣዳምን ደቁን ኃጢኣት ካብ ዝመጸሉ ካብ ዕፀ በለስ ገጽና መለስና።
፵ ወጼሐ ለነ ፍኖተ ሰላም ወክህልነ አስተሥርዮ ጌጋየነ ዘእንበለ ሥጋ ላህም ወደመ ጠሊ እንታክቲ ሕግ እንተ ኢኮነት ሠናያተ ወትእዛዝ እንተ አልባቲ ሕይወት አላ በሥጋሁ ማኅየዊ መብልዐ ጽድቅ ወደሙ ንጹሕ ስቴ ጽድቅ። ዕብ ፯፡፲፩-፳፪። ፲፡፩-፲፫። ፱፡፲፩-፳፰።	40 ንናይ ፍቕሪ ሕጊ ወንጌል ሠርዓልና። ብዘይ ሥጋ ላምን ደም ጤልን ንኃጢኣትና መሥተስረይ ተኻእለና። እዚኣ ቀዋሚት ዘይነበረት ሕጊ ነበረት፡ ድኅነት ዘይርከባ ትእዛዝ ውን ነበረት። ብዘድኅን ኣማናዊ መግቢ ብዝኾነ ሥጋኡን ሓቀኛ መስተ ብዝኾነ ንጹሕ ደሙን እዩ እምበር። ዕብ 7፡15-22። 8፡1-13። 9፡11-28።
፵፩ ወአሰፈወነ ለእመ ገበርነ ትእዛዛቲሁ ወሐርነ በፍናዊሁ ከመ ይመጽእ ኀቤነ ውእቱ ወአቡሁ መሐሪ ወመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ወይገብር ምዕራፈ ውስቴትነ እስመ ለሊሁ ይቤ አንሰ ኢየኀድር ውስተ ቤት ዘገብሮ እደ ሰብእ። ኢሳ ፷፮፡፩	41 ትእዛዙ ምስ ንፍጽምን ብሕጉ ጸኒዕና ምስ ንነብርን፡ ንሱ ምስ ለዋህ ዝኾነ ናይ ባህርይ ኣቦኡን ዘድኅን ናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስን መጺኡ ከምዝኃድረና ነገረና። ከመይ ንሱ ብኢድ ሰብ ኣብ ዝተሓንፀ ቤት ኣነ ኣይኃድርን እየ ኢሉ እዩ። ኢሳ 66፡1።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፯	ዘጎርጎርዮስ ም.37
ምዕራፍ ፴፯	**ምዕራፍ 37**
፩ ወእመሰ ንሕነ ተግኅሥነ እምሕገጊሁ ወዐለውነ ትእዛዛቲሁ ይከውን ማኅደርነ ውስተ ኮኅኔ ዘለዓለም ኀበ እሳቱ ኢይጠፍዕ ወዕፄሁ ኢይነውም ዝንቱ እሳተ ጽልመት ዘአልቦቱ ብርሃን ወሰመዮ ጽልመተ ጸናፌ መካነ ብካይ ወሐቅየ ስነን። ማቴ ፳፭፥፴። ማር ፱፥፵፬-፵፰።	1 ንሕና ግና ካብ ሕጉ ተፈሊና ትእዛዙ ውን እንተ ኣፍረስና መንበሪና እሳቱ ኣብ ዘይጠፍእን ሓሸኻኡ ኣብ ዘይድቅስን ኣብ ውሽጢ ዘለዓለማዊ ኮነኔ ይኸውን። እዚ ጽልመት ዘለዎ ብርሃን ዘይብሉ ከቢድ ጸልማት ዝተባህለ እሳት፡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ዘለዎ ቦታ እዩ። ማቴ 25፡30። ማር 10፡44-48።
፪ ኢኀሠሠ እግዚእ እምኔነ ግብረ ዕፁብ ዘእንበለ ዓቂበ ትእዛዛቲሁ ወሰበሂ ንኤብስ ኢናጽንዕ ልበነ አላ ንትመየጥ ፍጡነ ለንስሓ ወንትአመን ኃጣውኢነ በበይናቲነ በከመ ይቤ ሐዋርያ ። ማቴ ፲፩፡፳፫-፳፱። ሮሜ ፪፡፬-፮። ያዕ ፭፡፲፮	2 ጐይታ፡ ንሕጉ ክንሕልው እዩ እምበር ካባና ከቢድ ሥራሕ ኣይደለየን። እንተ በደልና ውን ልብና ኣይነትርር፡ ቀልጢፍና ናብ ንስሓ ንመለስ እምበር። ከምቲ ሓዋርያ ያዕቆብ ዝበሎ ነንሓድሕድና ውን ኃጢኣትና ንናዘዝ ደኣ እምበር ማቴ11፡28-29 ሮሜ 2፡4-6። ያዕ 5፡16።
፫ ወኢናስተዐቅብ ትእዛዞ ወተግሣፆ ለካህን እስመ ዐቃቤ ሥራይ መፈውሰ ነፍስ ውእቱ። ማቴ ፰፡፬። ዮሐ ፳፡፳፫።	3 ናይ ካህን ትእዛዙን ተግሣፁን ኣየሰቅቕና። ከመይሲ ነፍሲ ዘድኅን በዓል መድኃኒት ስለዝኾነ። ማቴ 8፡4። ዮሐ 20፡23 ።
፬ ኀድግሰ ዐቃቤ ሥራይ ዘይፈውስ ሕማመ ነፍስ ዐቃቤ ሥራይሂ ዘሥጋ ሶበ ይበውእ ኀበ ድውየ ሥጋ ይኤዝዞ ከመ ይትዐቀብ እምነ መባልዕት እኩያት ወያስትዮ ቁጽላተ መሪራተ ወኢቃቂረ ዘዕፁብ ምረሩ ወፍጉግ ፄናሁ ከመ ያስተራክብ ቦቱ ሕዋሳተ ዘሀሎ ውስተ ሥጋሁ ለውእቱ ድውይ።	4 ይትረፍዶ ቃል እቲ ደዌ ነፍሳት ዘርኅቕሲ፡ እቲ ንሥጋ ዝፍውስ እኳ ናብቲ ሥጋዊ ሕሙም ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ ካብ ክፉእ መግቢ ምምጋብ ክኽልከል ይእዝዞ እዩ። መሪር መሪር ቁጽሊ ምረቱ ጭንቂ፡ ሽታኡ ክፉእ ዝኾነ ካብ ብዙኅ ወገን ዝተቓመመ መድኃኒት የስትዮ እዩ። እዚ ኽኣ ኣብቲ ኣካል ሕሙም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ሕዋሳት ሓደ ንምግባር እዩ።
፭ ወለእመሰ ደዌሁ ዕፁብ ወኢይትከሀል ይትፈወስ ዘእንበለ ዳእሙ ይስጥዋ በሐፂን አው ይምትርዎ አባሎ አው ይግምድዎ እምሥጋሁ አው ያውዕይዎ በእሳት።	5 እቲ ሕሙም በርቲዑ ክሓዊ ምስ ዘይክእል ግና ብመላጸ ይጠብሕዎ፡ ወይ ኣካሉ ይቈርጽዎ ወይ ካብ ሥጋኡ ይቈርጹ ወይ ከኣ ብሓዊ የንድድዎ።
፮ ወእምብዝኃ ጻሕቁ ለድውይ በእንተ ፈውሰ ሥጋሁ ወጻሕቀ አዝማዲሁ በእንተ ጥሚናሁ እምውእቱ ደዌ ይሴአሉ ኀበ ሀሎ ማእምር ወጠቢብ።	6 እቲ ሕሙም፡ ካብቲ ፈውሲ ሥጋኡ ምድላዩ ዝተላዕለ፡ ኣዝማዱ ውን ካብቲ ደዌኡ ንክሓዊ ዝገብርዎ ትግሃት ዝተላዕለ በሊሕ ፈላጥ በዓል መድኃኒት ዘለዎ ይሓቱ።
፯ ከመ ይፈውሶ ለውእቱ ድውይ እምደዌሁ ጽኑዕ ያጸምም ቀኖለ ዚአሁ ዘኮሕሰ በፈውስ ዘያነጽሕ ወያየብስ ።	7 ነቲ ሕሙም ካብቲ ጽኑዕ ደዌኡ ንክሕውዮን ነቲ ከቢድ ቀኖሉ ብዘንጽሕ ብዘድርቕ መድኃኒት ንኽድርቖሉን እዩ።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፯	ዘጎርጎርዮስ ም.37
፰ ወከማሁመ ዓዲ ፍጥረተ ብርት ወሐፂን ወዐረር ርጉዐን ወዘይመስሎሙ እስመ ነአምር ከመ ሙሱናን እሙንቱ እምፍጥረተ ዓለም ወኢይበውእ እምላዕሌሆሙ ድኅረ ሙስና አላ እምፍጥረቶሙ።	8 ካልኣይ ውን ዝጸንዑ እኒ በዓል ኣስራዚ፡ ሓፂን፡ ዓረር ኮነ ነዚኣቶም ዝመስሉን ነገራት ምምራት ባህሪኦም ከምዝኾነ ደኃር ከምዘይመጸም ንፈልጥ ኢና።
፱ ወሶበ ይትረከብ ጠቢብ ወምሁር ወፍልሱፍ ማእምር ዘያስተራክብ ሙስናሆሙ በዘያሤኒ ወያአትት እምኔሆሙ ሙስና ዘቦአ ላዕሌሆሙ እምነ መሬት ወይመይጠሙ ኀበ ጽርየት ወያግኑሥ ርስሐተ ዘቦአ ላዕሌሆሙ ወይሬስዮሙ ወርቀ ወብሩረ።	9 ጥበበኛ ዝተማህረ ፈላስፋ ፈላጥ ምስ ዝርከብ፡ ነቲ ካብ መሬት ዝረኸቦም ምምራት ካብኦም ንከርጎቕን ከጽርይን ኣረኻኺቡ ነቲ ምምራቶም የርጎቕሎም ። ናብ ጽርየት ይመልሶም፡ ነቲ ዝረኸቦም ምምራት የርጎቕሎም፡ ከም ወርቅን ብሩርን ይገብሮም።
፲ ወሶበ ተመየጥከ ኀበ ዝክረ ፈውሳት ዘይትአተት ቦሙ ርስሐት ዘቦአ ላዕለ እሉ ፍጥረታተ ብርት ወዐረር ወሐፂን እምዘረከቦሙ እምነ ሕምዝ ዓበይት ዘያበውእዎ ውስተ ዝንቱ ርስሐት ከመ ያውፅኦ ዘከመ ያበውኡ ፈውሳተ ዓበይተ በሥጋ እንለ እመሕያው ሶበ ይደዊ በእንተ ፈውሰ ዚአሁ እምከመሰ ጠየቅነ ዘንተ ንትመጠው ፈውሰ እምእደ ጠቢብ መሐሪ ዘይትራዳእ ነፍሰነ ወመንፈሰነ ወሥጋነ።	10 ምስ ሓመመ፡ ንእኡ ንምሕዋይ ጠቢሑም ናብቲ ኣካል እቲ ሕሙም ነቲ ምምራት ንከውጽኡ መድኃኒት ከምዘእትዉ፡ ነቲ ዘእትውዎ ካብ መሬት ድኅሪ ምርካቦም ካብ ሓፂን ኣስራዚ ዓረር ወገን ኮኑ ዝኣተዎ ምምራት ዝርጎቕሉ መድኅኒት ናብ ምዝራብ ምስ ትምለስ፡ ነዚ እንተ ፈለጥና ነፍስናን ልብናን ሥጋናን ካብ ኢድ ዝረድእን ዝርጎርጎን ፈላጥ መድኃኒት ንቀበል።
፲፩ ወናጽምየ ለዘይጼውዐነ እንዘ ስፋሕ እዴሁ ኀቤነ እምቅድመ ኅልፈተ ዕለት ወናፍጥን ወንግድፍ ርእሰነ ቅድሜሁ እንዘ ንብል ናሁ አበስነ በቅድሜከ እግዚኦ ነጽር ኀቤነ ወኢትግድፈነ ለልሕኵትከ እስመ ግብረ እደዊከ ንሕነ እስመ አልቦ በውስተ ሞት ዘይዜከረከ ወበሲኦልኒ መኑ ዘየአምነከ ንትባደር ለንስሓ ።መዝ ፮፡፩-፯። ፻፴፰(፻፴፯)፡፰። ኢሳ ፷፭፡፪። ሉቃ ፲፭፡፲፩-፳፪። ገላ ፮፡፲።	11 ዘመንና ከይተወድአ ከሎ፡ ነቲ ኢዱ ናባና ዘርጊሑ ንዝጽውዓና ንስምዓዮ፡ ቀልጢፍና ርእስና ኣብ ቅድሚኡ ነትሕት። ኦ ጐይታ እንሆ ነኣኻ በዲልና ኢና ብዓይኒ ምሕረት ጠምተና፡ ፍጡራት ኣእዳውካ ኢናሞ ፍጥረትካ ኣይትግደፍ፡ ድኅሪ ሞት ዝዝክረካ ኣብ መቓብር ውን ተስፋ ዝገብረካ መን እዩ፡ እናበልና ቀልጢፍና ንስሓ ንእቶ። መዝ 6፡1-7። 138(137)፡8። ኢሳ 65፡2። ሉቃ 15፡11-22። ገላ 6፡10።
፲፪ ወናኀቱ መኃትዊነ ወናፍትን ተቀብሎ መርዓዊ እምቅድመ ይትዐፀው ኆኀት ወነነጥእ በዊአ ። ማቴ ፳፭፡፩-፲፫።	12 መባርህትና ነብርህ (ግብርና ንግለጽ)፡ ኣፍ ደጊኡ ከይተዓጽወ መርዓዊ ንምቕባል ንቀላጠፍ፡ ብዘይ እዚ ግና ምእታው ኣይከኣለናን እዩ። ማቴ 25፡1-13።
፲፫ ንትዐቀብ ከመ ኢይምጻእ ሰራቂ ወኢ ይርከበነ ንውማነ።ማር ፲፫፡፴፪-፴፯።	13 ሰራቒ ከይመጸና፡ እሞ ዘይተዳሎና ከይንጸንሓ ንጠንቀቕ። ማር 13-32-37።

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፯	ዘጎርጎርዮስ ም.37
፲፬ ናፍጥን እንከሰ ለንሰሓ እስመ ኢንክል ጸጊበ እምሐመረ ጽራዕ እለ ይበልዕዎ አሕርው ወንበሎ ለአምላክነ አበስነ በሰማይኒ ወበቅድሜከኒ ኢይደልወነ ንሰመይ ለከ ውሉደ አላ ረሰየነ ከመ አሐዱ እምአግብርቲከ።	14 እምበኣር ቀልጢፍና ንነሳሕ፥ ከመይ ካብቲ ሓሰማታት ዝበልዕዎ ቋርፍ ክንጸግብ ኣይንኽእል ኢና። ኣምላኽና ኣብ ሰማይን ቅድሜኻን በዲልና ኢና እሞ ውሉድካ ክንበሃል ኣይንበቅዕን ኢና፥ ከም ሓደ ካብ ገላውኻ ግበረና ደኣ ንበሎ።
፲፭ ወውእቱ ኢየኀድገነ ወኢይገድፈነ አላ ይትዌከፈነ በምሕረቱ ወያለብሰነ አልባሰ መርዓ ወይወዲ ውስተ አፃብ ዒነ ሕልቀተ ወአሣዕነ ለእገሪነ ወይጠብሕ ለነ ላሕመ መግዝፀ ይትፌሣሕ ወይትኀሠይ ብነ በከመ አሰፈወነ። ሉቃ ፲፭፥፲፩-፴፪።	15 ንሱ ፈጺሙ ካብ ውልድነት ኣይፈልየናን እዩ፥ ብምሕረቱ ደኣ ይቕበለና። ክዳን መርዓ ይኸድነና፥ ካትም ኣብ ኣፃብዕትና ኣሣእን ውን ኣብ እግርና ይገብረልና፥ ሥቡሕ ኣርሒ ይሓርደልና። ከምቲ ተስፋ ንስሓ ዝነገረና ብናትና ምምላስ ደስ ይብሎ። ሉቃ 15፥11-32።
፲፮ ንዑ አኃዊየ እንግርክሙ ፈሪሀ እግዚአብሔር እለ ትፈቅዱ ትርአዩ መዋዕለ ሠናያተ ንክላእ ልሳነ እምእኩይ ወከናፍሪነኒ ከመ ኢይንብባ ጕሕሉተ። መዝ ፴፬(፴፫)፥፲፭-፲፮። ፩ጴጥ ፫፥፲-፲፫።	16 ጽቡቕት መዓልታት (መንግሥተ ሰማያት) ኽትርእዩ እትደልዩ ኣኀዋተይ! ንዑ ፍርሃት እግዚኣብሔር ኽምህረኩም። ልሳንና ካብ ክፉእ፥ ከናፍርና ውን ጥልመት ካብ ምዝራብ ኽከልክል። መዝ 34(33)፥11-16። 1ይ ጴጥ 3፥1-13።
፲፯ ንግበር ሠናየ በኀበ አብያጺነ ወፍቁራኒነ ወጸላእያነኒ ዘከመ ንፈቅድ ንሕነ ይግበሩ ለነ ከመ ንስማዕ እምእግዚእነ ቃለ ዘምሉእ ፍሥሓ ዘይብል ንዑ ኀቤየ ቡሩካኑ ለአቡየ ትረሲ መንግሥተ ሰማያት ዘድልው ለክሙ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም። ማቴ ፭፥፴፬። ፯፥፲፪። ፳፭፥፴፬። ገላ ፮፥፱-፲።	17 ከምቲ ንሳቶም ክገብሩልና እንደልዮ ንሕና ኸኣ ኣብቶም ብጸትናን ፈተውትናን ጸላእትናን ጽቡቕ ንግበር። ከመይሲ ኣቱም ናይ ኣቦይ ቡሩኻት! ነቲ ዓለም ከይተፈጥረ ዝተዳለወልኩም መንግሥተ ሰማያት ኽትወርሱ ናባይ ንዑ! ዝብል ሓጐስ ዝመልኣ ቃል ጐይታና ኽንሰምዕ እዩ። ማቴ 5፥44። 7፥12። 25፥34። ገላ 6፥9-10።
፲፰ ወናእትት ጽልመተ ኃጢኣት እምሥጋነ ወነፍስነ ወመንፈስነ ዘከመ ይትኣተት ጽልመተ ዛህል እምነ ዐረር ወሐሚን ወብርት በእሳት ወዐቃቂር ውዑያት ዘውእቶሙ ጾም ወጸሎት ወንጽሕና ወምጽዋት ወፍቅር በትሕትና ወሃይማኖት ርትዕት በሥላሴሁ ለእግዚአብሔር ወበተዋሕዶተ መለኮቱ አልቦ ዘይትማሰሎሙ ለእሉ አቃቂር ፩ቱ ጽሩያት ወውዑያት።	18 ከምቲ ጸለሎ ምምራት ካብ ኣስራዝን ሓሚንን ዓረርን ብእሳትን ብዝፈልሑ ቀመማት መድኃኒትን ከም ዝርጎቕ ካብ ሥጋናን ነፍስናን ልብናን ጸልማት ኃጢኣት ነርጎቕ። እዚኣቶም ድማ ብትሕትና፥ ከምኡ ውን ብቅኑዕ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ኣካሉ ሰለስትነትን ናይ ባህርዩ ሓድነት ብምእማን ዝፍጸም ጾም ጸሎት ንጽሕና ምጽዋት ፍቕሪ እዮም። ካብ ኃጢኣት ዘንጽሑ ሙቕት ጸጋ ዝህቡ ነዚኦም ሓሙሽተ ተግባራት እዚኣቶም ዝመስሎም የልቦን።
፲፱ ወሶቤሃ የኀድር ውዕየተ መለኮት ወኀይሉ ውስተ ነፍሳቲነ ወለእመ ኮነ	19 ሽዑ ፍቕሪ መለኮትን ጸጋን ኣብ ልብና ይኃድር። ንሕና ውን ካብ ኃጢኣት ንጹሓን እንተ ደኣ ኮንና ሽዑ መጺኡ

ዘጎርጎርዮስ ም.፴፯፡ ዘፊልክስ ም. ፴፰	ዘጎርጎርዮስ ም. 37፡ ዘፊልክስ ም. 38
ንሕነ ንጹሐነ እምኃጢኣት አሜሃ ይመጽእ ኀቤነ ወይገብር ምዕራፈ ውስቴትነ ወንበርህ ከመ ፀሐይ በመንግሥተ አቡነ። ማቴ ፲፫፡፵፫። ዮሐ ፲፬፡፲፰። ፩ ጴጥ ፬፡፲፬።	ይኃድረና። ኣብታ ኣቦና ዘውርሰና መንግሥተ ሰማያት ድማ ከም ፀሐይ ክንበርህ ኢና። ማቴ 13፡43። ዮሓ 14፡23። 1ይ ጴጥ 4፡14።
፳ ወያሌዕለነ በዓለም ሐዳስ ወይረስየነ ከመ ሀገር ጽንዕት ዘሕንፅት መልዕልተ ደብር ወከመ ማኅቶት ዘያበርህ ለኵሉ ዓለም። ማቴ ፭፡፲፬-፲፮። ፪ጴጥ ፫፡፲፫። ራእ ዮሐ ፳፩፡፩። ኢሳ ፷፭፡፲፯። ፷፮፡፳፪።	20 ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዮክብረና፡ ከምታ ኣብ ልዕሊ እምባ ዝተሓንፀት ጽንዕቲ ዓዲ፡ ከምኡ ውን ንኵሉ ዓለም ዘብርህ ፋና ይገብረና። ማቴ 5፡14-16። 2ይ ጴጥ 3፡13። ራእ ዮሓ 21፡1። ኢሳ 65፡17። 66፡22።
፳፩ ወንወርስ ውእቱ ተድላ ዘዐይን ኢርእየ ወዕዝን ኢሰምዐ ውስተ ልበ ሰብእ ዘኢተሐለየ ወነኅድር ውስተ ማኅደረ መላእክት ወንሴብሕ ምስለ መንፈሳውያን ወንበልዕ ኅብስተ መላእክት። መዝ ፸፰(፸፯)፡፳፭። ሉቃ ፳፪፡፴፩-፴፬። ሮሜ ፰፡፲፰-፳፪። ፩ቆሮ ፪፡፰-፲።	21 ነቲ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምየ ኣብ ልቢ ሰብ ውን ዘይተሓስበ ሓጐስ ነፍሲ ክንወርስ ኢና። መላእኽቲ ኣብ ዝነብሩሉ መንግሥተ ሰማያት ክንነብር ኢና፡ ምስ ረቂቃን መላእኽቲ ክነመስግን ኢና፡ ምስጋና መላእኽቲ ውን ከም መግቢ ጌርና ክንነብር ኢና። መዝ 78(77)፡ 25። ሉቃ 20፡34-39። ሮሜ 8፡18-22። 1ይ ቆሮ 2፡8-10።
፳፪ ወናሌዕል ስብሐተ ፫ቱ ቅዳሴያት ዘእንበለ ፅርዓት እንዘ ንብል ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ጸባያት ፍጹም ፩ዱ አምላክ ምሉዕ ሰማያተ ወምድረ ቅድሳተ ስብሐቲከ ወሎቱ ስብሐት በኵሉ ጊዜያት ለዓለመ ዓለም አሜን።ኢሳ ፮፡፩-፬። ራእ ዮሐ ፬፡፰።	22 ከየቋረጽና ናይ ሠለስቲኣም ምስጋና ሓድነት ንነግር ኣሎና። ፍጹም ኣሸናፊ ሓደ ኣምላኽ እግዚኣብሔር ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ተባሂልካ እትምስገን ምስጋናኻ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ምሉእ እዩ እናበልና፡ ንዘለዓለም በብጊዜኡ ክብርን ምስጋናን ንእኡ ይኹን። ኢሳ 6፡1-4። ራእ ዮሓ 4፡8።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፴፰ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 38 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ፊልክስ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትስብእት ወሃይማኖት።	1 ቅዱስ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት ፊልክስ፡ ብዛዕ ባ ምሥጢረ ሥላሴን ምሥጢረ ሥጋዌን ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፪ ንሕነሰ ናወግዝ እለ ይሔልዩ ሕማመ አው ሞተ ለመለኮት እመቦ ዘይብል እስመ ክርስቶስ ዘተሰቅለ ብእሲ ውእቱ እንበለ መለኮት ወኢየአምን ከመ ውእቱ ፩ዱ አካል እም፫ቱ አካላት እግዚኣብሔር ቃል ወብእሲ ኀቡረ ዘከመ ነአምን ንሕነ እስመ	2 ንሕናስ ነቶም ሕማም ኮነ ሞት ባህርየ መለኮት ከምዝኾነ ዝሓስቡ ነውግዙም። ዝተሰቐለ ክርስቶስ መለኮት ዝተፈልዮ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ዝብልን፡ ከምቲ ንሕና ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ከምዝኾነ እንኣምን ከምኡ ዘይኣምንን እንተሎ ነውግዞ ኢና።ቃል እግዚኣብሔር ብመለኮት

ዘፊልክስ ም. ፴፰	ዘፊልክስ ም. 38
እግዚአብሔር ቃል ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት ወሕማም ዘሥጋ ተኖለቄ ሎቱ በከመ ይቤሉ አበዊነ ንጹሐን።	ዘይሓምም ከሎ ብሥጋ ሓመመ፡ ከምቲ ንጹሓን ኣቦታትና ዝበልዎ ናይ ሥጋ ሕማም ሞት ንእኡ ተነጊሩሉ እዩ።
ክፍል ፪	ክፍሊ 2
፫ ወካዕበ ይቤ ንጠይቅ ክፍላተ ፪ቱ ህላዌያት ወስመ ፪ቱሂ ክፉል በከሉ ጊዜ በምግባር ወበነገር ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት።	3 ከምኡ ውን ቅድመ ተዋሕዶ ዝነበረ ናይ ክልቲኦም ባህርያት ፍልልይ፡ ናይ ክልቲኦም ስም ብኸሉ ጊዜ ብሥራሕ ብዘረባ ፍሉይ ከምዝነበረ ንፍለጥ። ንሳቶም ከኣ መለኮትን ትስብእትን እዮም፡ ይብል።
፬ ወሶበ ንቤ ከመዝ ኢይምሰልክሙ ዘንከፍሎ እምድኅረ ፩ዱ ከዊን ወዳዕሙ ናጤይቅ ህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት ወዓዲ ነአምር እስመ ቃል አኮ ዘተመይጠ እምህላዌ መለኮቱ ለከዊነ ትስብእት ሶበ ኀደረ ላዕሌነ።	4 ከምዚ ክንብል ከሎና፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ንፈልዮም ዘሎና ኣይምሰልኩም። ናይ መለኮት ባህርይን ናይ ትስብእት ባህርይን ነረድእ ኣሎና ደኣ እምበር። ቃል ባህርይና ምስ ተዋሓደ ካብ ባህርየ መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን ከምዘይተለወጠ ውን ንፈልጥ ኢና።
፭ ወኢኮነ ክርስቶስ እኁሀ በግብር ሐዲስ አላ ለቢሶ ሥጋ ዚአነ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ቈላ ፪፡፰-፱።	5 ክርስቶስ ብሓድሽ ግብሪ (ብኅድረት፡ ብውላጤ) ኣይመስለናን እዩ። ብዘይ ምርመር ተዋሕዶ ንባህርይና ባህርዩ ገይሩ እዩ እምበር።ዮሓ 1፡1-14። ቈላ 2፡8-9።
ክፍል ፫	ክፍሊ 3
፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ፊልክስ ሰማዕት ነአምን ይእዜ በክርስቶስ ኢየሱስ አምላክነ ።	6 ደጊሙ ውን፡ እዚ መከራ ዝተቐበለ ቅዱስ ፊልክስ ብፈጣሪና ኢየሱስ ክርስቶስ ሎሚ ንኣምን ኢና በለ።
፯ ወንትአመን በ፩ዱ አካል ወበ፩ዱ ገጽ ወበ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ወዓዲ በተፀንሶቱ ዘእንበለ ዘርእ። ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፱ ።	7 ሰብ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንኣምን። ከምኡ ውን ብዘይ ዘርኢ ምፅናሱ ንኣምን። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡26-39።
፰ ወውእቱ እግዚአብሔር ዘቦቱ ልደት በሥጋ በሕማማት ዲበ ዕፀ መስቀል ወመዊት ወትንሣኤ።	8 ብሥጋ ምውላድ፡ ኣብ መስቀል መከራ ምቕባል፡ ሙሚትን ምትንሣእን ገንዘቡ ዝኾነ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል እዩ።
፱ ወበእንተ ዝንቱ እንዘ ሀሎ ዲበ ዕፀ መስቀል ውእቱ ያነሥእ ኵሎ እለ ሰከቡ እምዓለም ወ፩ዱ ውእቱ ዋሕድ ለአቡሁ እንዘ ሀሎ በሰማይ ውእቱ ሀሎ በምድር ወእንዘ ውእቱ ያስተርኢ ዘኢያስተርኢ። ማቴ ፳፯፡፶፩-፶፫። ቈላ ፩፡፲፭። ዮሐ ፫፡፲፫። ሮሜ ፲፡፩-፳።	9 ስለዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ መስቀል ከሎ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ መቓብር ንዝነበሩ ኵሎም ምውታን ኣተንሥኦም። ነቦኡ ቀዳምን ተኽታላይን ዘይብሉ ሓደ እዩ። ኣብ ሰማይ ከሎ ኣብ ምድሪ ዘሎ ንሱ እዩ። ዝርኢ ክኸውን ከሎ ዘይርኢ ውን እዩ። ማቴ 27፡51-53። ቈላ 1፡15። ዮሓ 3፡13። ሮሜ 10፡5-8።

ዘፊልክስ ም. ፴፰ ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱

፲ ወውእቱ ወልደ እግዚአብሔር እምቅድመ ዓለም ወጎደረ ውስተ ከርሣ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በደኃሪ መዋዕል ወውእቱ ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ዘምስለ ትስብእት ወዘኢየአምን ወኢይትአመን ከመዝ ንሕነ ናወግዞ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፴፱ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ አቡሊዲስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ በውስተ መልእክት ጎበ ዲዮናስዮስ።

፪ አንሰ አነክር ሶበ ሰማዕኩ በእንተ ሰብእ እለ ኢይትአመኑ በእግዚእ ከመ ውእቱ አምላክ ሥግው እንዘ እሙንቱ ውዱቃን ውስተ ስሕተት እኩይ በተወክፎ ትምህርቶሙ ለሰብአ ጳውሎስ ሳምሳጢ ወአግብርቲሁ እሙንቱ።

፫ እስመ ይቤሉ ፩ዱ እምሰማይ ወየአምኑ ቦቱ ከመ ውእቱ አምላክ ወካልእ ዘእምድር ይብሉ ከመ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ እመለኮቱ ።

፬ ፩ዱ ኢፍጡር ወካልኡ ፍጡር ፩ዱ ህልው እምቅድመ ዓለም ወካልኡ ግቡር እምትማልም ፩ዱ እግዚእ ወካልኡ ገብር።

፭ እለሰ ይብሉ ከመዝ ረሲዓን እሙንቱ ለእመ ሰገዱ ለዘይብልዎ ከመ ውእቱ ገብር ወከመ ውእቱ ፍጡር አው ኢሰገዱ ለዘተሣየጠነ በደሙ ለእመሰ ኢአምኑ በአምላክ ዘውእቱ እምሰማይ ከመ ውእቱ ተሠገወ እምቅድስት ድንግል ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ አምጽኡ ሁከተ ለርእሶሙ ወየሐውሩ በንባበ ረሲዓን እለ ይብሉ ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌ። መዝ ፩፡፩-፪። ሮሜ ፩፡፲፰-፳፭።

፮ ወናሁ አጠየቀ ዮሐንስ ወንጌላዊ እሙነ ወተከሥተ ከመ እግዚእ ፩ዱ ሶበ ይቤ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወጳውሎስኒ

ዘፊልክስ ም. 38 ዘአቡሊዲስ ም. 39

11 ዓለም ከይተፈጥረ ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተወልደ፡ ብዳጎራዋይ ዘመን አብ ማኅፀን እመቤትና ቅድስት ድንግል ዝኃደረ ንሱ እዩ። ንሱ ሰብ ውን እንተኾነ ሓደ አካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ እዩ። ስለዚ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ኢሉ ንዘይኣምን ነውግዞ ኢና።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 39 ክፍሊ 1

1 ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት አቡሊዲስ፡ ናብ ዲዮናስዮስ አብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ከምዚ በለ።

2 ናይቶም ኣገልገልቲ ዝኾኑ፡ ንትምህርቲ ጳውሎስ ሳምሳጢ ብምቕባል ክፉእን ጥፉእን ብዝኾነ ክሕደት ተታኺዞም፡ ሰብ ዝኾነ ንሱ ኣምላኽ ከምዝኾነ ብጉይታና ዘይኣምኑ ሰባት ናቶም ነገር ሰሚዐ እግሪም ኣሎኹ።

3 እቲ ሓደ ካብ ሰማይ ዝተረኽበ እዩ ስለዝብሉ ኣምላኽ ከምዝኾነ ይኣምኑ እዮም። እቲ ካልኣይ ከኣ ካብ መለኮቱ ዝተፈልየ ካብ ምድሪ ዝተረኽበ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኾነ ይዛረቡ እዮም።

4 እቲ ሓደ ዝተፈጥረ እቲ ካልኣዩ ዘይተፈጥረ፡ እቲ ሓደ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ እቲ ካልኣዩ ካብ ትማሊ ንነጀው ዝተረኽበ እዩ፡ እቲ ሓደ ገዛኢ እቲ ካልኣዩ ተገዛኢ እዩ ይብሉ።

5 ከምዚ ዝብሉስ፡ ፍጡርን ግዙእን ከምዝኾነ ንዝዛረቡሉ ካብ ዝሰግዱ፡ ኑቲ ብወርቂ ደሙ ንዝዓደገና ካብ ዘይሰግዱ ሕጊ እግዚአብሔር ዝዘንግዑ እዮም። ንሱ ካብ ንጽሕት ድንግል ሥጋ ከምዝተዋሓደ ምስቲ ሥጋኡ ውን ሓደ ከም ዝኾነ ካብ ሰማይ ብዝመጸ ኣምላኽ እንተ ዘይኣሚኖሲ ኣብ ልዕሊኡም ሁከት ኣምጽኡ። ብዘረባ እቶም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝብሉ መናፍቓን ውን ጸኒያም ይነብሩ። መዝ 1፡1-2። ሮሜ 1፡18-25።

6 እንሆ ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ኣብ ዝተዛረበሉ ጊዜ ሓደ ገዛኢ ከምዝኾነ ብሓቂ ገሊጹ ኣረድኡ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
ሐዋርያ ይቤ ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ኮሉ ኮነ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፩ቆሮ ፰፡፮	ሐዋርያ ጳውሎስ ድማ ኮሉ ብእኡ ዝተፈጥረ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ እዩ በለ። ዮሓ 1፡14። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፯ ወዘተወልደ እማርያም እምቅድስት ድንግል እምድኅረ ተሰምየ ፩ደ ዋሕደ ውእቱመ ዘቦቱ ኮሉ ኮነ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ውእቱ ወአልቦ ውስቴቱ ኀበ ፪ኤ።	7 ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወልድ ተባሂሉ ድኅሪ ምጽዋዑ፡ ኮሉ ብእኡ ዝተፈጥረ ንሱ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ እዩ። ናብ ክልተነት ምክፋል የብሉን።
፰ ወአልቦ ለሥጋሁ ህላዌ ፍሉጥ እመለኮቱ ኀበ ገጸ ፍና ወኢመለኮቱ አልቦቱ ፍሉጥ ህላዌ እምትስብእቱ ኀበ ገጸ ፍና አላ ከመ ብእሲ ዘ፩ዱ ህላዌሁ ከማሁ ውእቱ እግዚእ ክርስቶስ ዘኮነ በአርአያ። ፊል ፪፡፩-፰	8 ንሥጋኡ ውን ካብ መለኮቱ ናብ ሓደ ወገን ዝተፈልየ ባህርይ የብሉን፡ ከምኡ ድማ ንመለኮቱ ካብ ሥጋኡ ናብ ሓደ ወገን ዝተፈልየ ባህርይ የብሉን። ሰብ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ከም ዝኾነ፡ ሰብ ዝኾነ ናይ ባህርይ ገዛኢ ክርስቶስ ውን ከምኡ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ እዩ እምበር። ፊል 2፡5-8።
፱ ሶበሰ ኢያእመርዎ ለ፩ዱ በተዋሕዶ ናሁ ይደልዎሙ ዓዲ ይክፍልዎ ለ፩ዱ ብእሲ ኀበ ብዙኀ ወይቤልዎ ከመ ቦቱ ህላዌያት ብዙኃን።	9 ኑቲ ሓደ፡ ሓደ ከም ዝኾነ ካብ ዘይፈልጥዎስ፡ እንሆ ዳግማይ ኑቲ ሓደ ሰብ ናብ ብዙኀ ወገን ክኸፍፍልዎ ግቡኣም እዩ። ብዙኀ ባህርያት ውን ከምዘለዎ ክዛረቡ ይግብኣም እዩ።
፲ እስመ ሥጋ እስትጉቡእ ውእቱ እምብዙኀ አምሳል እምነ አዕፅምት ወእምትንት ወአሥራው ወሥጋ ወማእሰ ወአጽፋር ወፀጕር ወደም ወመንፈስ ወእሉ ኮሉሙ ፍሉጣን በበይናቲሆሙ ወዳእሙ በአማን ፩ዱ ህላዌ ውእቱ።	10 ከመይ፡ ሥጋ ካብ ብዙኀ ነገራት ዝተረኽበ እዩ። ካብ ኣዕፅምቲ፡ ጅማት፡ ሠራውር፡ ሥጋ፡ ቆርበት፡ ጽፍሪ፡ ፀጕሪ፡ ደም ከምኡ ውን ነፍሲ ዝተኣከበ ስለዝኾነ እዞም ኮሎም እዚኣቶም ነንሓድሕዶም ዝተፈላለዩ እዮም። ግና ብሓቂ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ እዮም።
፲፩ ወከማሁ መለኮትኒ ወትስብእት ፩ዱ ውእቱ ወኢይትከፈል ኀበ ፪ኤ ህላዌ።	11 ከምኡ ውን መለኮት ካብ ትስብእት ሓደ አካል ሓደ ባህርይ እዩ። ናብ ክልተ አካልን ናብ ክልተ ባህርይን ኣይክፈልን እዩ።
፲፪ ወኢይደሉ ይሰመዩ ኮሎሙ ፍጡራን ወልደ እጓለ እመሕያው ዘወረደ እምሰማያት አላ ወልደ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምብእሲት ወኢይትዌከፍ ክፍላተ ኀበ ፪ቱ ህላዌ። ዮሐ ፫፡፲፫። ሉቃ ፩፡፴፪።	12 ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ዝተወልደ ወዲ እግዚአብሔር እንተ ዘይኾይኑ እምበር ኮሎም ሰባት ካብ ሰማይ ዝወረደ ወዲ ኣዳም ክበሃሉ ኣይግባእን። ግና ክልተ አካል ክልተ ባህርይ ኣይበሃልን እዩ። ዮሓ 3፡13። ሉቃ 1፡32።
፲፫ ወእመ አኮሰ ዘወረደ እምሰማይ ይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ወአኮ ወልደ እጓለ እመሕያው ወዘሂ ተወልደ	13 ብዘይ እዚ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ወዲ እግዚአብሔር ይበሃል እምበር ወዲ ሰብ ኣይበሃልን እዩ። ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
እምብእሲት ይሰመይ ወልደ እጓለ እመሕያው ወአኮ ወልደ እግዚአ ብሔር ።	ውን ወዲ ሰብ ይበሃል እምበር ወዲ እግዚአብሔር ኣይበሃልን እዩ።
፲፬ ዝንቱ ንባብ ይተሉ ስሕተቶሙ ወዕ ልወቶሙ ለሰብአ ጳውሎስ ሳምሳጢ ወለነሰ እስመ መጻሕፍተ እግዚአብሔር ይሜህሩነ ከመ ንእመን በኍዱ እግዚእ ዘወረደ እምሰማያት ውተወልደ እምብእሲት። ፩ቆሮ ፲፭፥፮። ገላ ፬፥፬ ዮሐ ፭፥፳፯። ሉቃ ፩፥፴፪።	14 እዚ ኣዘራርባዚ ናይ ወገናት ጳውሎስ ሳምሳጢ ስሕተት ክሕደት ይመስል። ንኣና ግና ካብ ሰማይ ብዝወረደ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝተወልደ ብሓደ እግዚኣብሔር ጎኽንኣምን እግዚኣብሔር ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ይምህሩና እዮም። 1ይ ቆሮ 8፥6። ገላ 4፥4። ዮሓ 5፥27። ሉቃ 1፥32።
፲፭ ወእለሰ የአምኑ ዘንተ ኢይወድቁ ወኢየንብሩ ምስለ እለ ይሔልዩ ኮሎ ዘቦቱ ተቃርኖት ከመ ኢይጽርፉ በንባብ አላ ይባርኩ በልቦሙ ። ሮሜ ፲፥፱-፲። ፪ቆሮ ፬፥፲፫።	15 ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኢሎም ዝኣምኑ ግና ኣብ ክሕደት ኣይወድቁን እዮም። ምስቶም ተቓውሞ ዘለዎ ኮሉ ነገር ዝሓስቡ ሰባት ውን ኣይተሓባበሩን። እዚ ኸኣ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ብልሳኖም ምእንቲ ከይዛረቡ፣ እኳ ደኣ ብኣፎምን ልቦምን ኣሚኖም ንከመስግንዎ እዩ። ሮሜ 10፥9-10። 2ይ ቆሮ 4፥13።
፲፮ ወእለሰ የአምኑ በ፪ኤ ህላዌ ያጌብሮሙ ይስግዱ ለ፩ዱ ወለካልኡ ኢይሰግዱ ይጠመቁ በዘመለኮት ወኢይጥመቁ በዘትስብእት።	16 ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ዝኣምኑ፣ ነቲ ሓደ ከምዝሰግዱ ነቲ ካልእ ግና ኸኽይሰግዱ፣ ብባህርየ መለኮት ከም ዝጥመቹ ብባህርየ ሥጋ ግና ኸኽይጥ መቹ ግዲ ይኾኖም።
፲ እመሰ ንጠመቅ በሞተ እግዚእነ ይከውን እምነትነ በ፩ዱ ህላዌ መለኮት ዘኢየሐምም ወትስብእት ዘየሐምም ከመ ይኩን ጥምቀትነ ከመዝ በእግዚኣብሔር ወንትፈጸም በሞተ እግዚእነ። ሮሜ ፮፥፫-፬	17 ብሞት ጐይታና እኸኸብር እንተ ኮይንና፣ እምነትና ብዝሓምም ትስብእትን ብዘይሓምም መለኮትን ሓደ ባህርይ ይኸውን፣ ምኽባርና ውን ከምዚ ብእግዚኣብሔር ምእንቲ ክኸውን ብሞት ጐይታና ፍጹማን ኸኸውን። ሮሜ 6፥3-4።
፲፩ ወኢንፍራህ ሶበ ያነውሩነ እለ ይከፍልዎ ለእግዚእነ ጎበ ፪ቱ አካል ወሶበሂ የሐምዩነ አመ ንሰሚ ተዋሕዶተ ወንጌላዊ ሐዋርያዊ ወይብሉ ከመ ንሕነ ንቤ በእንተ ሥጋ ከመ ውእቱ እምሰማይ በጊዜ አንብቦትነ መጻሕፍተ እግዚኣብሔር እንዘ ንብል እስመ ወልድ እምሰማይ ውእቱ ወዓዲ ይቤሉ ከመ ንሕነ ንቤ እስመ ቃል እምነ ምድር ውእቱ ሶበ ንቤ በእንተ ወልደ እግዚኣብሔር ከመ	18 ንጐይታና ናብ ክልተ ኣካል ዝፈልዩ ሰባት እንተ ነቐፉና፡- ኣብ ወንጌል ዘሎ ብቓል ሓዋርያት ዝተነግረ ብዛዕባ ተዋሕዶ ኣብ እንዛረበሉ ጊዜ፣ እግዚኣብሔር ኣብ ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ተመልኪትና ውን ወልድ ካብ ሰማይ ከምዝወረደ ኣብ እንዛረበሉ ጊዜ “ሥጋ ካብ ሰማይ ወረደ” ይብሉ ኢሎም፣ ከምኡ ውን “ወዲ እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ተረኽበ” ይብሉ ኢሎም ብመለኮቱ ካብ

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
ውእቱ ተወልደ እምብእሲት ወይሔልዩ ከመ ንሕነ ንቤ አኮ ውእቱ እምሰማይ። ዮሐ ፩፡፲፬። ገላ ፬፡፬።	አብ ኣይተረክበን ንብል መሲልዎም እንተሓመዩና ኣይንፍራህ። ዮሓ 1፡14። ገላ 4፡4።
፲፱ ንሕነሰ ንቤ ኮለንታሁ ወልድ እምሰማይ በእንተ መለኮት ወዓዲ ንቤ ኮለንታሁ እምብእሲት በእንተ ትስብእት ወኢነአምር ፍልጠተ ፩ዱ ገጽ።	19 ንሕና ግና ብዛዕባ መለኮት ክንዛረብ ከሎና ወልድ ካብ ሰማይ ከምዝወረደ ንዛረብ ኣሎና። ከምኡ ውን ብዛዕባ ትስብእት ክንዛረብ ከሎና ካልኣይ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ ንዛረብ ኣሎና። ሓደ ኣካል ክልተ ምኻኑ ኣይንፈልጥን ።
፳ ወኢንክፍሎ ለሰማያዊ እምነ ምድራዊ ወኢ ለምድራዊ እምሰማያዊ እስመ ክፍለትሰ ዐመፃ ውእቱ ወኢነሀቦሙ ለእለ ይብሉ ክልኤ ህላዌ ምክንያተ ለፍልጠት።	20 ነቲ ሰማያዊ መለኮት ካብቲ ምድራዊ፡ ነቲ ምድራዊ ሥጋ ካብቲ ሰማያዊ መለኮት ኣይንፈልዮን ኢና። ምኽንያቱ ምኽፋል ክሕደት እዩ። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ንዝብሉ ሰባት መፍለዪ ምኽንያት ኣይንሃቦም።
፳፩ ወሥጋሂ ሥጋ ውእቱ አኮ ህላዊ በርእሱ ባሕቲቱ ወአኮ በርእሱ ባሕቲቱ ዘኮነ መድኃኔ ወኢይደሉ ከመ ይኩን ፍሉጠ ወዕቱተ በህላዌ ርእሱ ባሕቲቱ ዘእንበለ መድኃኒት።	21 ሥጋ ውን ሥጋ እዩ፡ ብርእሱ በይኑ ነባሪ ኣይኮነን። ብናቱ ባህርይ በይኑ መድኃኒ ኣይኮነን። ካብ ዘድኀን ቃል ተፈልዩ ብገንዘቡ ጥራይ ክነብር ኣይክእልን እዩ።
፳፪ ወኢይትፈለጥ እምኔሁ ቃል በህላዌሁ መለኮታዊ ዘህሎ እምቅድመ ትስብእት ወኢይትዐተት በገጸ መካን ባሕቲቱ ።	22 ቃል ውን ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ከምዝነበረ ብመለኮታዊ ባህርዩ ካብ ሥጋ ኣይፍለን እዩ። ንበይኑ ውን ሓደ ወገን ኮይኑ ኣይነብርን እዩ።
፳፫ እስመ እግዚእነሰ መጽአ ውስተ ዓለም ወአስተርአየ በሥጋ ወአኮ ዘእንበለ ሥጋ ወኢንፍልጥ ፍጡረ እምነ መለኮቱ ፈጣሪ ከመ ኢይፍልጥ መኑሂ ህላዌ ፍጡረ። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፯። ፩ጢሞ ፫፡፲፮።	23 ጐይታና ናብዚ ዓለምዚ መጺኡን ሥጋ ተዋሓሒዱ ተገሊጹን እዩ እሞ ምስ ገዚኑ ከይተዋሓደ ዝተገልጸ ኣይኮነን። በዚ ኽኣ ነቲ ፍጡር ሥጋኡ ካብ ፈጣሪ መለኮቱ ኣይንፍለዮ። ማንም ነቲ ፍጡር ሥጋ ካብ መለኮት ከይፈሊ። መዝ 118(117)፡27። 1ይ ጢሞ 3፡16።
፳፬ እስመ ቃል ዘኢተፈጥረ ኢመጽአ ወኢያስተርአየ እንበለ ሥጋ ከመ ኢይክፍል መኑሂ ህላዌ ዘኢተፈጥረ እምነ ሥጋ ወክልኤሆሙ ፩ደ በተዋሕዶ በእንተ ትድመርት ዘተደመሩ በበይናቲሆሙ ወበጎብረት ዘጎብረ ቦቱ በአምሳለ እጓለ እመሕያው ወዓዲ ፩ዱ ስም ይደሉ ለእለ ጎብሩ በተዋሕዶ። ዮሐ ፩፡፩-፴። ዕብ ፪፡፲፬።	24 ዘይተፈጥረ ቃል ብዘይ ሥጋ ሰብ ኮይኑ ስለዘይተራእየ፡ ገዚኑ ሰብ ነቲ ዘይተፈጥረ መለኮት ካብ ሥጋ ፍሉይዩ ከይብል። ነሓድሕዶም ሓደ ስለገዚኑ ብኣምሳል ሓድነት ነፍስን ሥጋን ውን ስለዝተዋሓዱ፡ ክልቲኦም ብተዋሕዶ ሓደ ኮይኖም እዮም። ሕጂ ድማ ብተዋሕዶ ሓደ ገዚኑ ንክልቲኦም ሓደ ስም (ክርስቶስ) ምባል ይግባእ። ዮሓ 1፡1-30። ዕብ 2፡14።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
፳፭ መለኮትሰ ኢፍጡር ውእቱ ወሥጋሰ ፍጡር ውእቱ መለኮትሰ ኢሐማሚ ውእቱ ወሥጋሰ ሐማሚ ውእቱ።	25 መለኮት ዘይተፈጥረ እዩ፥ ሥጋ ግና ዝተፈጥረ እዩ። መለኮት ዘይሓምም እዩ፥ ሥጋ ግና ሓማሚ እዩ።
፳፮ ወበከመ ሰማዕነ ጳውሎስ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ሐመ በሕማመ ሞት ወኢሰማዕነ እምኔሁ እንዘ ይፈልጥ ወኢሂ ሃይማኖትነ ይብል እስመ መለኮት ሐመ በሕማመ ሞት። ሮሜ ፭፥፮።	26 ክርስቶስ ሓመመ ሞተ ክብል ጳውሎስ ከምቲ ዝሰማዕና፥ ክፈልዮ ከሎ ግና ኣይሰማዕናን። ሃይማኖትና ውን መለኮት ብባህርዩ ሓመመ ሞተ ኣይብልን እዩ። ሮሜ 5፡6።
፳፯ ወከማሁ ኢይትፈለጥ ከመ ፍጡር ወከመ ገብር ጎበ ክልኤ ወኢንፈስዮ ለመለኮት ፍጡረ ወኢግቡረ እስመ ኢፍጡር ውእቱ ወዓዲ ኢንፈስዮ ለሥጋ ኢፍጡረ ።	27 ከምኡ ውን ከም ፍጡር ከም ግዙእ ናብ ክልተ ኣይፍለን እዩ። ዘይተፈጥረ ስለዝኾነ ንመለኮት ፍጡር እዩ ኣይንብል ኢና። ከምኡ ውን ንሥጋ ኣይተፈጥረን ኣይንብል ኢና።
፳፰ ወለወልድ ኢንሰምዮ ፪ኤ ህላዌ ፩ዱ ዘመለኮት ወ፩ዱ ዘትስብእት ወይኩን ከመዝ እምነትክሙ ወሀልዉ ቦቱ እንዘ ታስተዋሕዱ። ዮሐ ፫፥፲፫-፲፱። ኤፌ ፬፥፭።	28 ንወልድ፥ ሓደ ንመለኮት ሓደ ንትስብእት ኢልና ክልተ ባህርይ ኣይንብልን። ከምዚ ውን ይኹን እምነትኩም። ኣዋሒድኩም ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ብምባል ጸኒዕኩም ንበሩ። ዮሓ 3፡13-19። ኤፌ 4፡5።
፳፱ ወተገንሡ እምእሉ ዑደታት እለ ያፈርሁ ወኢንክፍል ሃይማኖተ በእንተ ነገሮሙ ከንቱ አላ ንሰነዐው በምግባር ወንትአመን ቦቱ በ፩ዱ ተሰናዕዎ ከመ ሥጋ ውእቱ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወመለኮትሰ እምሰማይ።	29 ካብ ዘፍርሑ ካብዞም ዘወርቲ ነገራት ርሓቑ። ነቲ ከንቱ ነገሮም ሰሚዕና ሃይማኖት ኣይኽፈል። ብግብሪ ሓደ ኮይንና ንንበር ደኣ እምበር ከምኡ ውን ሥጋ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም፥ መለኮት ካብ ኣብ ዝተረክበ ከምዝኾነ ሓደ ኳንና ንእመን ደኣ እምበር።
፴ ወሥጋሰ ፍጡር ውእቱ በውስተ ማኅፀን ወመለኮትሰ ኢፍጡር ወኢበምንትኒ አላ ህልው ውእቱ በኵሉ ጊዜ።	30 እቲ ሥጋ ኣብ ማኅፀን ፍጡር እዩ፥ መለኮት ግና ኵሉ ጊዜ ህልው እዩ እምበር ፈጺሙ ፍጡር ኣይኮነን።
፴፩ እስመ ቃል ሶበ ተዋሐደ ወኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ኢተወለጠ መለኮት እምቀዳሚ ግብሩ ወኢተከፍለ። ዕብ ፲፫፥፰።	31 ምኽንያቱ ቃል ምስ ሥጋ ተዋሒዱ ሓደ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ መለኮት ካብቲ ቀዳማይ ግብሩ ኣይተለወጠን ኣይተኽፍለን። ዕብ 13፡8።
፴፪ ወእመሂ ልማደ መጻሕፍት ይትናገሩ በእንተ ኮለንታሁ ከመ ዘመለኮት ወዓዲ ይትናገሩ በእንተ ኮለንታሁ ከመ ዘትስብእት ወንሕነሂ ካዕበ ንተሉ ቃለ እግዚአብሔር ።	32 መጻሕፍቲ ከይከፈሉ ኣምላኽ ከምዝኾነ ካብ ዝዛረቡ፥ ከምኡ ውን ከይፈለዩ ሰብ ከምዝኾነ ካብ ተናገሩ ንሕና ድማ ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ንስዕብ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
፴፫ ወኢንከፍሎ ለዘኢይትከፈል ወኢንፈልጠ ለመለኮት እምነ ትስብእት ከመ ዘናከብሮ ወንሴብሖ አመ ጊዜ ይትበህል እስመ ሥጋ ፍጡር እምነ ከርሥ ወካዕበ ኢንፈልጠ ለሥጋ እምነ መለኮት በእንተ እምነትነ በጊዜ ይሴባሕ ቦቱ መለኮት ከመ ውእቱ ኢኮነ ፍጡረ።	33 ነቲ ዘይክፈል ኣይኾነፍሎን ኢና፡ ሥጋ ኣብ ማኅፀን ከም ዝተፈጥረ ኣብ ዝንገረሉ ጊዜ ከምቲ እንኽብሮን እነመስግኖን ጌርና ንመለኮት ካብ ትስብእት ኣይንፈልዮን ኢና። ከምኡ ውን መለኮት ዘይተፈጥረ ብምኻኑ ኣብ ዝኾብረሉን ዝመስገነሉን ጊዜ፡ ዘይተፈጥረ ምኻኑ ቦቲ እምነትና ንሥጋ ካብ መለኮት ኣይንፈልዮን ኢና።
፴፬ እፎኑ ኢይከውኖሙ ግብረ ዘምሉእ ኃፍረተ ለእለ የአምኑ በዝንቱ ወይትአመኑ ዘንተ ከመ ውእቱ ሠናይ መይጠሙ ቃለ መጻሕፍት ለግእዞሙ ወያበውኡ ሀከከ ማዕከለ መጻሕፍት። ፪ጴጥ ፫፡፲፮።	34 ነቶም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ዝኣምኑ፡ ቃል መጻሕፍቲ ናብ ባህሎም ለዊጦም ቀዋሚ ከምዝኾነ ጌሮም በዚ ዝኣምኑን፡ ኣብ መንጎ መጻሕፍቲ ክርክር ንዘእትዉን ሰባት ከመይ ዘጎፍር ሥራሕ ኣይኮኖምን፡ 2ይ ጴጥ 3፡16።
፴፭ ወይቤሉ ቦ ዘሐሰበ ስመ ትስብእት ኀበ ቃል ሶበ ይቤ ዮሐንስ ወንጌላዊ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወቦ ዘረሰየ ስመ መለኮት ፍጹመ ኀበ ግብርናት በእንተ ዘይቤ ጳውሎስ ወልድኒ ይገዝ ለዘአግዝየ ሎቱ ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፩ቆሮ ፲፭፡፳፰።	35 ወንጌላዊ ዮሓንስ ቃል ሥጋ ኮነ ክብል ከሎ ስም ትስብእት ንቃል ሂቡ ዝተናገረ ኣሎ ይብሉ። ጳውሎስ ውን ወልድ ነቲ ዘግዝኣሉ ይግዛእ ስለዝበለ ነቲ ፍጹም ስም መለኮት ንሥጋ ሂቡ ዝተዛረበ ኣሎ ይብሉ። ዮሓ 1፡14። 1ይ ቆሮ 5፡28።
፴፮ ንሕነሰ ነአምን እስመ ክርስቶስ ሰገደ ለአብ በሥጋ ወለሊሁኒ ይቤ ንሕነሰ ንሰግድ ለዘነአምር ወአንትሙሰ ትሰግዱ ለዘኢተአምሩ በዝንቱ ነገር ወበዘይመስሎ ያመጽኡ ሀከከ ውስተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን። ማቴ ፳፪፡፴፱። ዮሐ ፬፡ ፳-፳፬።	36 ንሕናስ ክርስቶስ ንኣብ ብሥጋ ከም ዝሰገደ ነኣምን ኢና፡ ንሱ ውን ባዕሉ ንሕናስ ንእንፈልጦ ንሰግድ ንሽኻትኩም ግና ንዘይትፈልጥዎ ኢኹም እትሰግዱ ኢሉ እዩ ይብሉ። በዝን ነዚ ብዝመስልን ኾሉ ኣብ ውሽጢ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ክርክር የምጽኡ። ማቴ 26፡39። ዮሓ 4፡20-24።
፴፯ ንሕነሰ ነአምን በቃለ መጻሕፍት ወንተረጉም ህልወ ዘከመ መሀሩነ አበዊነ ለባስያነ መንፈስ ወንቤ እስመ መለኮት ኢተፈልጠ ግሙራ እምሰብእ እንዘ ውእቱ ይሰግድ በሥጋ ወሥጋሂ ኢተፈልጠ አመ ይሰግድ በሥጋ ወሥጋሂ ኢተፈልጠ አመ ይሰግድ ለመለኮት ወኢይትዐተት መለኮት አመ ይሰግድ ለትስብእት ወኢይደሉ ይኩን ዝንቱ ግሙራ።	37 ንሕና ግና ቃል መጻሕፍቲ ነኣምን ኢና፡ መንፈስ ቅዱስ ዝኃደሮም ኣቦታትና ከምዝመሃሩና ውን ቀዋሚ ጌርና ንትርጉሞ። ንሱ ብሥጋ ክሰግድ ከሎ መለኮት ካብ ሥጋ ከምዘይተፈልየ፡ መለኮት ክሰግድ ከሎ ሥጋ ኣይተፈልየን። ሥጋ ኣብ ዝሰግደሉ ጊዜ መለኮት ኣይፍለይን እዩ። እዚ ፈጺሙ ኣይከውንን እዩ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
፴፯ ወእመሂ የሐምም ሥጋ ኢተፈልጠ እምኔሁ መለኮት አላ እንዘ ይትዋሐድ ምስሌሁ ወሞየ ለሞት በኃይለ መለኮቱ ወተነሥአ ቦቱ ወወሀበሙ ለተቃራንያን በሕሊናሆሙ ከንቱ ኃፍረተ ህየንተ ኃጣር ወሞት ዘረከቦ በሥጋሁ ።	38 ሥጋ ምስ ሓመመ መለኮት ካብኡ ኣይተፈልየን፡ ምስኡ ተዋሒዱ ነበረ ደኣ እምበር። ብሥልጣነ መለኮቱ ንሞት ኣጥፍኡ፡ ኣብ ልዕሊኡ ውን ሠልጠነ። ብሥጋኡ መከራ ስለ ዝተቐበለን ስለዝሞተን ቦቲ ፍሩስ ዘረባኣም ንነገሮም ዝቃወም ጎፍረት ከደኖም።
፴፰ ናሁ ሞየ ለሞት ወቂወቀ ቂዉዋነ እለ ውስተ ሲኦል ወተንሥአ በክብር እሙታን በኃይለ መለኮቱ።	39 እንሆ ንሞት ሰዓሮ፡ ነቶም ኣብ ሲኦል ዝነበሩ ነፍሳት ውን ማረኸ፡ ክብሩ ገሊጹ ድማ ብሥልጣነ መለኮቱ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንሥኡ።
፴፱ እንከሰ ይትገሠፁ ዐላውያን ወይዕቀቡ ሃይማኖተ ዘከመ ሕጉ ወኢያምጽኡ ሁከተ በኢየእምሮቶሙ ትርጓሜሁ ለቃለ መጽሐፍ።	40 እምበኣር መናፍቓን ይገሠጹ፡ ይመኽሩ፡ ዝግባእ ሥርዓት ብምኻኑ ሃይማኖት ኣጽኒየም ይኃዙ። ምሥጢር ቃል መጻሕፍት ሰኣን ምፍላጦም ጸብኢ ክርክር ኣየምጽኡ።
፵ እለ ይትቃወሙ ሃይማኖተ እንዘ የኀብሩ በቃለ መጽሐፍ ወካዕበ እበድ ውእቱ ወእከይ ለእለ የኀብሩ ሃይማኖተ ወይትቃወሙ በበይናቲሆሙ በነገር።	41 ነቶም ኣብ ቃል መጽሓፍ ኣሎና እናበሉ ሃይማኖት ዝቃውሙ፡ ንዘይፈልጡ ሰባት ዝንጋዔ (ስንፍና) እዩ። ከምኡ ውን ነቶም ብሃይማኖት ሓደ ኢና እናበሉ ነንሓድሕዶም ብነገር ዝከራኸሩ ሰባት ኃጢኣት ክሕደት እዩ።
፵፩ ወለነሰ ዝንቱ ውእቱ ነገርነ ዘተናገርነ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ አምላክ ለባሴ ሥጋ ወውእቱ ዝንቱ ፩ዱ ውእቱ ሰማያዊ ወውእቱ ምድራዊ።	42 ንሕና ግና እቲ ሥጋ ዝተዋሓደ ንሱ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበልናዮ ዘረባ እዚ እዩ። ንሱ ሓደ እዩ፡ ንሱ ሰማያዊ እዩ ምድራዊ ውን እዩ።
፵፪ ተመከረ በሥጋ እንዘ ውእቱ አምላክ ኃያል ይሰነዓዊ እንከ አብዳን በተዋሕዶተ ትስብእት ምስለ መለኮት ወኢይትቃረኑ በበይናቲሆሙ በከንቱ ወኢይደቁ በተቃውሞቶሙ ለዐላውያን።	43 ኃያል ኣምላኽ ክንሱ ብሥጋ መከራ ተቐበለ። እምበኣር እዞም ዘይፈልጡ ትስብእት ምስ መለኮት ሓደ ምኻኑ ይእመኑ። ነንሓድሕዶም ብሽንቲ ኣይከራኸሩ፡ ኣብ ክሕደት መናፍቓን ውን ኣይውደቑ።
፵፫ ወዳዕሙ ይቅንዑ ፈድፋደ በንጽሓ ለቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወሕየው በሰላም እግዚእየ አሜን።	44 ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ካብዚ ኵሉ ዝነጽሐት ብምኻና ደኣ ይቕንኡ። ጐይታይ ብሰላም ንበር፡ ኣሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፴፱ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 39 ክፍሊ 2**
፩ ካልእ መልእክት እምኀበ ዝንቱ መምህር አቡሊዲስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ዘፈነዋ ኀበ በርደጊስ።	1 ካብ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ካብዚ መምህር ኣቡሊዲስ ዝተጻሕፈትን ናብ በርደጊስ ዝተላእከትን ካልኣይቲ መልእኽቲ እዚኣ እያ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም.. ፴፱
፪ አቡሊዲስ ይጽሕፍ ኀበ እግዚኡ ወፍቅሩ በርደጊስ በእግዚእ ንትፈሣሕ ጥቀ እንከ እስመ ሃይማኖትነ ዘከመ ትምህርተ ሐዋርያት ውእቱ ። ሮሜ ፩፥፲፩	2 ኣቡሊዲስ ንጕይታኡን ፈታዊኡን በርደጊስ ይጽሕፍ። ብጕይታ ኣሚንና ኣዚና ንተሓጐስ፡ ከመይሲ ሃይማኖትና ከም ትምህርቲ ሓዋርያት ስለዝኾነ። ሮሜ 1፡11።
፫ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ከመ ፫ቱ ገጻት ፍጹማነ መልክዕ ወአካል እሙንቱ እንዘ ፩ዱ መለኮቶሙ ዘበአማን ፩ደ ስግደተ ይሰገዱ ወ፩ደ ስብሐተ ይሴብሑ ወ፩ዱ ውእቱ ዕበዮሙ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	3 ባህሪኦም ብሓቂ ሓደ ክኸውን ከለ፡ ብመልክዕ ብኣካል ፍጹማን ዝኾኑ ሠለስተ ገጻት ከምዝኾኑ ብአብን ብወልድን ብመንፈስ ቅዱስን ነአምን ኢና። ሓደ ስግደት ይስገደሎም፡ ሓደ ምስጋና ይምስገኑ። ናይ አብ ናይ ወልድ ናይ መንፈስ ቅዱስ ጕይትነት ሓደ እዩ።
፬ እመቦ ዘይቄስክ ካልእ መለኮተ አው ዘያመጽእ ካልአ ስብሐተ እንበለ ቃለ ስብሐቶሙ ለሱራፌል እለ ይብሉ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚአብሔር ጸባያት ፍጹም ምሉእ ሰማያተ ወምድረ እምስብሐቲከ ውጉዘ ለይኩን።	4 ካልእ ኣምላኽ ኣሎ ዝብል እንተሎ፡ ከምኡ ውን ካብቲ ሱራፌል ኣሸናፊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ተባሂልካ እትምስገኖ ምስጋናኻ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ምሉእ እዩ እናበሉ ዘመስግንዎ ቃል ምስጋና ካልእ ዘምጽእ እንተሎ ዝተፈልየ ውጉዝ ይኹን።
፭ ከመዝ ሰብሕዎ አንትሙሂ ለመለኮተ ሥላሴ በከመ ስምዐ ኮኑ ዮሐንስ ወጳውሎስ ዮሐንስ ነገረ ከመ ውእቱ ርእየ ስብሐተ ወልድ እንዘ እሙንቱ ይሴብሕዎ በስብሐተ ወልድ እንዘ እሙንቱ ይሴብሕዎ በስብሐት ወጳውሎስኒ አጠየቀ ዘንተ ፩ደ ስብሐተ ከመ ውእቱ ዘመንፈስ ቅዱስ። ኢሳ ፮፥፩-፬።	5 ንሸኻትኩም ውን ንባህርይ ሥላሴ ከምዚ ኢልኩም ኣመስግንዎ። ዮሓንስን ጳውሎስን ከምዝመስከሩ፡ ዮሓንስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እናበሉ ሱራፌል ከመስግኑ ናይ ወልድ ጕይትነት ከምዝረኣየ ተዛረበ። ጳውሎስ ውን እዚ ሓደ ምስጋና ናይ መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነ ኣረድኣ። ኢሳ 6፡1-4።
፮ እስመ ይቤ ከመ ቃል ዘተናገርዎ ውእቱ ዘመንፈስ ቅዱስ በከመ ርእዮ ነቢይ እንዘ ውእቱ ይሴባሕ እስመ ስብሐተ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ስብሐተ ወልድ ወስብሐተ ወልድሂ ውእቱ ስብሐተ አብ ወስብሐተ አብሂ ውእቱ ስብሐተ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ። ዮሐ ፩፥፲፬። ፲፯፥፩-፮። ፩ቆሮ ፲፪፥፩-፲፪። ራእ ዮሐ ፭፥፱-፲፬። ፲፬፥፩-፭።	6 ከመይ ሱራፌል ዝተዛረብዎ ምስጋና ናይ መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነ ነጊሮም እዮም። ንሱ መንፈስ ቅዱስ ክምስገን ከሎ በቲ ነቢይ ኢሳይያስ ዝረኣዮ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምስጋና ናይ ወልድ ምስጋና እዩ፡ ናይ ወልድ ምስጋና ውን ናይ አብ ምስጋና እዩ፡ ናይ አብ ምስጋና ድማ ናይ ወልድን ናይ መንፈስ ቅዱስን ምስጋና እዩ። ዮሓ 1፡14። 17፡1-6። 1ይ ቆሮ 12፡1-12። ራእ ዮሓ 5፡9-14 ። 14፡1-5።
፯ እስመ አብ ወላዴ ወልድ ውእቱ ወዓ ዲ እምኔሁ ወፅአ መንፈስ ቅዱስ በግብር ዘኢይትነገር ወኢይትሔለይ	7 አብ ንወልድ ዝወለደ እዩ። ከምኡ ውን ብዘይንገር ሓሳብን ብዘይምርመር ግብርን መንፈስ ቅዱስ ካብኡ ተረኪቡ እዩሞ

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱

በሐልዮ እንዘ ኢይቀድሞ ፩ዱ እምካልኡ እምሣልሱ ወእንዘ ኢይዴነርሂ።

፵ ወልድሂ ቃሎሙ ውእቱ ለአብ ወለመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስሂ መንፈሶሙ ውእቱ ለአብ ወለወልድ ወበዝንቱ አእመርነ ከመ ፩ዱ ውእቱ መለኮተ ሥላሴ ወሎቱ ንሰግድ።

፵፩ ወአበዊነሂ እለ ተጋብኡ በኒቅያ ይቤሉ እመቦ ዘይፈልጥ ፩ደ መለኮቶ ለእግዚአብሔር አብ እምወልድ ወእመንፈስ ቅዱስ ወይሬስዮሙ ከመ እሙንቱ ኮኑ በትእዛዘ አብ ዘከማነ ወአኮ እሙንቱ እምዝንቱ ፩ዱ መለኮት ውጉዘ ለይኩን።

፵፪ ወካዕበ ንሕነ ንሰብክ ወልደ እግዚአብሔር ለፍጻሜ ሃይማኖት ከመ ውእቱ ተሠገወ እምእግዝእትነ ማርያም ወነደረ ምስለ ሰብእ። ገላ ፬፡፬።

፵፫ ወአኮ ገባሬ ውእቱ በብእሲ አላ ገባሪ በነቢያት ወሐዋርያት አምላክ ፍጹም በሥጋ ወውእቱ ብእሲ ፍጹም በመንፈስ ።

፵፬ ወአኮ ውእቱ ፪ኤ ፩ዱ ወልድ መለኮታዊ ዘበአማን ጸዋሬ ብእሲ ወካልኡ ብእሲ መዋቲ ዘአኮ ውእቱ እምሰማይ እምኀበ እግዚአብሔር አላ ውእቱ ፩ዱ ዋሕድ እምሰማይ ወዋሕድ ዲበ ምድር ውእቱ እግዚአብሔር ዘበአማን ወብእሲ ኀቡረ። ፩ዮሐ ፭፡፯።

፵፭ ወበአርአያ ሥጋ ያድኅን ዓለመ በአርአያ አምሳሊሁ ወበከመ ነሣእነ መንፈሶ መለኮታዊ ዘወሀበነ በንፍሐቱ እንዘ ውእቱ ከመ ብእሲ በአርአያ ብእሲ ውእቱ ንጉሥ ለእለ በሰማያት ወለእለ ውስተ ምድር ወመትሕተ ምድር ወንሰብሖ እስመ ፩ዱ ውእቱ እግዚእ። ዮሐ ፳፡፳፪።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱

አብ ካብ ወልድ ወልድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ከይቀደመ፣ መንፈስ ቅዱስ ካብ ወልድ ወልድ ውን ካብ አብ ከይደኃረ።

8 ወልድ ንአብን ንመንፈስ ቅዱስን ቃሎም እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ንአብን ንወልድን እስትንፋሶም እዩ። ናይ ሠለስተ ኣካላት መለኮት ሓደ ከምዝኾነ በዚ ፈሊጥና ንእኡ ንሰግድ።

9 ኣብ ኒቅያ ዝተኣከቡ ኣቦታትና ውን፣ ነቲ ሓደ ናይ እግዚኣብሔር አብ መለኮት ካብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝፈሊ፣ ከማና ብትእዛዝ አብ ከም ዝተፈጥሩ ገይሩ ዝዛረብ ከምኡ ድማ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካብዚ ካብ ሓደ ባህርይ አብ ኣይተረኽቡን ዝብል እንተሎ ዝተወገዘ ይኹን ኢሎም እዮም።

10 ከምኡ ውን ንሃይማኖት ፍጹም ንምግባር፣ ንሱ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ከምዝተዋሓደ ምስ ሰብ ውን ከምዝነበረ ንምህር። ገላ 4፡4።

11 ኣብ ነቢያትን ሓዋርያትን ኃዲሩ ሥራሕ ዝሠርሐ ፍጹም ኣምላኽ ብሥጋ ተገልጸ እምበር ንሱ እቲ ፈጣሪ ኣብ ሰብ ዝኃደረ ኣይኮነን። ሰብ ውን እንተኾነ ብመለኮቱ ፍጹም እዩ።

12 ክልተ ማለት እቲ ሓደ ኣብ ሰብ ዝኃደረ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ወልድ፣ እቲ ካልእ ኸኣ ካብ ሰማይ ዝወረደ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ኣይኮነን። ንሱ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ካብ አብ ሓደ በይኑ ዝተወልደ ካብ ድንግል ውን ሓደ በይኑ ዝተወልደ ንሱ ሓደ ደኣ እዩ እምበር። ንሱ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። 1ይ ዮሓ 5፡20።

13 ኣምላኽ ከም ምኻኑ ሰብ ኮይኑ ንዓለም የድኅን። ሰብ ኮይኑ ውን ብንፍሓት ነቲ ዝሃበና መለኮታዊ እስትንፋሱ ከም ዝተቐበልና፣ ሰብ ኮይኑ ኣብ ሰማይን ምድርን ንዘለዉ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ውን ንዘለዉ ገዛኢ ንሱ እዩ። ከመይ ሓደ ገዛኢ ንሱ ስለዝኾነ ነመስግኖ። ዮሓ 2፡22

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
ቈላ ፩፡፲፪-፲፱። ፊል ፪፡፭-፲፩። ይሁ ፩፡፬-፭።	ቈላ 1፡12-19። ፊል 2፡5-11። ይሁ1፡4-5።
፲፬ እመቦ ዘይብል በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘውእቱ እምእግዝእትነ ማርያም ከመ ውእቱ ብእሲ እምሰማይ እምኀበ እግዚአብሔር ተወሰከ ዲበ ዘወለደቶ እግዝእትነ ማርያም ወከመ ውእቱ ፪ቱ ገጻት ፍጹማን ወዘይብል ዘንተ ያእምር ከመ ነኪር ውእቱ ወእቱት እምተስፋ እግዚአብሔር ።	14 ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዛዕባ ዝተረክበ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡- ካብ ሰማይ ካብ እግዚአብሔር ዝመጸ ሰብ ኣብ ማርያም ዝወለደቶ ኃደረ ዝብል፡ ፍጹማን ዝኾኑ ክልተ ገጽ ከምዝኾኑ ነዚ ዝዛረብ እንተሎ፡ እግዚአብሔር ካብ ዝህቦ ተስፋ ፈጺሙ ዝተፈልየ ከምዝኾነ ይፍለጥ።
፲፭ እግዚአብሔርሰ ቃል ዘቦቱ ኮሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ዘውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ገባሬ ኮሉ ዓለም በከመ መህሩነ ዮሐንስ ወጳውሎስ ወኢይቤሉ ከመ ቃል ጸዋሬ ኢየሱስ ዘወለደቶ እግዝእትነ ማርያም አላ ይቤሉ ከመ ውእቱ መጽአ ውስተ ዓለም ወወጽአ እምብእሲት ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ዕብ ፩፡፩-፲፬። ገላ ፬፡፬ ።	15 እግዚአብሔር ቃል ኮሉ ዝተፈጥረሉ እዩ። ብዘይካኡ ዝተፈጥረ የልቦን። እዚ ድማ ዮሓንስን ጳውሎስን ከምዝመሃሩና ንኮሉ ዓለም ዝፈጠረ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። እቲ ቃል ኑቲ ማርያም ዝወለደቶ ንኢየሱስ ከምዝረድእ ኣይተዛረቡን። ንሱ እቲ ቃል ናብዚ ዓለምዚ ከምዝመጸ ካብ ድንግል ውን ከምዝተወልደ ተዛረቡ ደኣ እምበር። ዮሓ 1፡1-14። ዕብ 1፡1-14። ገላ 4፡4።
፲፮ ወኢይቤሉ እስመ ብእሲ ሥጋዊ እምሰማይ ኀደረ በብእሲ ምድራዊ አላ ተብህለ እስመ አዳም ዳግማዊ ውእቱ እምሰማይ ዘውእቱ ቃል ዘአልቦቱ ሥጋ ተሠገወ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ከመ ይረስየነ ሰማያውያነ አምሳለ ዚአሁ እስመ ሰማያዊ ውእቱ። ፩ዮሐ ፫፡፲፩-፲፱። ፩ ቆሮ ፲፭፡፵፭-፶፩።	16 ካብ ሰማይ ዝተረክበ ሥጋ ዘለዎ ኣብቲ ካብ ምድሪ ዝተረክበ ሰብ ከምዝኃደረ ኣይተዛረቡን። እቲ ካልኣይ ኣዳም ካብ ሰማይ ከምዝወረደ ተዘርበ ደኣ እምበር። እዚ ድማ ቃል እዩ። ሥጋ ዘይብሉ ንሱ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋን ነፍስን ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ። ንሱ ሰማያዊ እዩ እሞ ንእኡ ምእንቲ ክንመስልን ሰማያውያን ንክንብረናን እዩ። 1ይ ዮሓ 3፡11-19።1ይ ቆሮ 15፡45-51።
፲፯ ወንሕነ ምድራውያን ተጸዋዕነ ውስተ ሱታፌ ወልደ እግዚአብሔር ዘተሳተፍነ መዊተ ዲበ ዕፀ መስቀል ዘከመ ኮሉ ሰብእ እንዘ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ዘኢይክል እኁዙቶ ሞት ከመ ኮሉ ሰብእ አላ ውእቱ ያበጥል ሞተ ወያበርህ ብርሃነ ሕይወት ዘለዓለም ዘይሁበነ መዊያተ ኃይሉ።	17 ንሕና ምድራውያን ውን ናብቲ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ከሎ ከም ኮሉ ሰብ ኣብ ልዕሊ መስቀል ብሞት ንዝመሰለና ወዲ እግዚአብሔር ንክንመስል ተጸዊዕና ኢና። ከም ኮሉ ሰብ ሞት ክቀኖኖ ዘይከኣሎ እዩ፡ ከመይ ንሱ ንሞት የጥፍእን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ዝኸውን ትንሣኤ ይገልጽን ደኣ እምበር። ከሃልነቱ ውን ዓወት ይህበና።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱	ዘአቡሊዲስ ም. 39
ዮሐ ፰፡፲፪-፲፬። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬-፳፱ ። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፫-፶፮ ።	ዮሓ 8፡12-14። ግብ ሓዋ 2፡24-29። 1ይ ቆሮ 15፡53-56።
፲፰ እመቦ ዘኢየአምን በብእሲ ዘወለደቶ ማርያም ከመ ውእቱ አምላክ ዘከነ ሰብአ ወከመ ውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ ወውእቱ አምላክ ቀዳማዊ ዘኢይትዌለጥ በለቢሰ ሥጋ ወኢየሐምም በመለኮቱ ውጉዘ ለይኩን። ሮሜ ፩፡፫ ።	18 ነቲ ማርያም ዝወለደቶ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ምስ አብ ውን ሓደ ከምዝኾነ፡ ሥጋ ብምውሓድ ዘይልወጥ ብመለኮት ውን ዘይሓምም ቀዳማይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ንሱ ዝተወገዘ ይኹን።ሮሜ 1፡3።
፲፱ እመቦ ዘይብል ከመ ሥጋሁ ለመድኃኒነ እምሰማይ ውእቱ ወኢኮነ ፍጡረ በህላዌሁ ወውእቱ ዘእንበለ ጥንት ሀሎ እምቀዲሙ ምስለ እግዚአብሔር በተዋሕዶ ዘኢየአምን ከመ ውእቱ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ውጉዘ ለይኩን።	19 መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ዝተረክበ እዩ፡ ብባህርዩ ፍጡር ኣይኮነን፡ ጥንቲ ከይሃለዎ ምስ እግዚኣብሔር ብሓድነት ብቅድምናን ነበረ ዝብል፡ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተረክበ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ዝተወገዘን ዝተፈልየን ይኹን።
፳ ወዘሰ ይብል ከመ ሥጋ አምላክ ውእቱ ዘይሰግድ ሎቱ በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት እስመ ሥጋሁ ለቃል ዘኢተፈጥረ ውእቱ ብዑዐ ለይኩን እስመ ኢተዐቅፈ በሥጋሁ ወኢበሕማማቲሁ ።	20 ብኣንጻሩ እቲ ኣምላኽ ዝተዋሓዶ ሥጋ እዩ ዝብል፡ ናይ ቃል ሥጋ ዘይተፈጥረ እዩ ኢሉ ከይፈለየ ብሓድነት ዝሰግደሉ፡ ግና ዝተመስገነ ይኹን። ምኽንያቱ እቲ ቃል ሥጋ ብምኻኑን መከራ ብምቕባሉን ኣይተጠራጠረን።
፳፩ ወዓዲ ንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ እስመ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር እምቀዲሙ ወእስከ ለዓለም ወዓዲ ይሜህረነ ከመ ንትአመን በዳግም አስተርእዮቱ ዘከመ ትምህርተ ቅድስት ጥምቀት።	21 ከምኡ ድማ ንቃል ምስ ሥጋ ኣዋሒድና ንሰግደሉ። ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ንዘለዓለም ውን ዝነብር ወዲ እግዚኣብሔር ንሱ ሓደ ወልድ እዩ። ከምኡ ውን ትምህርቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ብምኻኑ ንዳግማይ ምምጻኡ ክንኣምን ይምህረና።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፳፪ ወካዕበ ይቤ ቅዱስ አቡሊዲስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ በውስተ መልእክቱ ዘፈነዋ ኀበ ዲዮናስዮስ።	22 ዳግማይ ውን እዚ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣቡሊዲስ ንዲዮናስዮስ ጽሒፉ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፳፫ ንትአመን በፍጡር በተዋሕዶተ ፈጣሪ ምስሌሁ ሶበ ኀብረ ፈጣሪ ምስለ ፍጡር ኮነ ፩ደ ህላዌ ጽኑዐ በ፩ዱ አካል ወአኮ በ፪ኤ ህላዌ።	23 እቲ ፍጡር ሥጋ ምስ ፈጣሪ ከምዝተዋሓደ ንኣምን ኢና። ፈጣሪ ምስ ፍጡር ኣብ ዝተዋሓደሉ ጊዜ ሓደ ኣካል ብምኻን ጽኑዕ ሓደ ባህርይ ኮነ። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይኮነን።

ዘአቡሊዲስ ም. ፴፱ ፥ ም. ፵	ዘአቡሊዲስ ም. 39 ፥ ም.40
፳፬ ወዘንተ ነአምን ንሕነ እንጌለ እመሕያው እምፍጥረትነ እንዘ ፪ኤ ህላዌ ዘውእቱ ነፍስ ወሥጋ ይከውን ፭ደ ወይልሕቅ በ፭ዱ አካል ወይሰመይ ብእሴ ። ዘፍ ፭፡፳፯። ዕብ ፪፡፲፬።	24 ንሕና ሰባት ውን በቲ ተፈጥሮና ነዚ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ንፈልጦ ኢና። ባህርይና ክልተ (ነፍስን ሥጋን) ከሎ ሓደ ይኸውን፡ ሓደ አካል ብምኻን ይዓቢ፡ ሓደ ሰብ ክኣ ይበሃል። ዘፍጥ 126። ዕብ 2፡14።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵ ክፍል ፬	**ምዕራፍ 40 ክፍሊ 4**
፩ ወካዕበ መልእክት እምጎበ ዝንቱ ሊቅ ትሩፍ አቡሊዲስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ዓቢይ ጎበ ኵሎሙ ኤጲስ ቆጳሳት ውስተ ኵሎን መካናት።	1 ዳግማይ ድማ ካብዚ ብግብሪ ብሃይማኖት ፍጹም ዝኾነ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ዓቢይ መምህር አቡሊዲስ ናብ ኣብ ኣርባዕተ መዓዝን ንዘለዉ ኵሎም ኤጲስ ቆጳሳት ዝተላእከ መልእኽቲ እዚ እዩ።
፪ አቡሊዲስ ይጽሕፍ ጎበ ኤጲስ ቆጳሳት ዘአብያተ ክርስቲያናት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት እለ ሀለዋ ውስተ ኵሎን መካናት።	2 ኣቡሊዲስ ኣብ ኣርባዕተ መዓዝን ንዘለዉ፡ ብስብኸት ሓዋርያት ኣብ ልዕሊ ዝኣመኑ ምእመናን ንዝተሾሙ ኤጲስቆጳሳት ይጽሕፍ።
፫ ኦ አኃው ፍቁራን በእግዚእ ንትፈሣሕ እንከ ሊተሰ ያሠምረኒ ኦ አኃው ፍቁራን ሃይማኖትክሙ በእግዚእነ ወአምላክነ ወንጉሥነ ዛቲ ይእቲ ዘከመ ትምህርተ ቤተ ክርስቲያን።	3 ዝተፈቐኹም ኣኀዋት እምበኣር ብጐይታ ኣሚንና ንተሓጐስ። ዝተፈቐኹም ኣኀዋት ንኣይሲ ብጐይታና ብኣምላኽና ብንጉሥና ምእማንኩም የሐጕሰኒ። እዚኣ ኽኣ ከም ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን እያ።
፬ ሆሴዕ ነቢይ ይቤ በእንተ እግዚአብሔር ቃል ኢየንድኅ ለያዕቆብ ይሕልቅ እስመ አምላክ አነ ወኢኮንኩ ከመ ብእሲ ዕሩቅ ወኢይበውእ ውስተ ሀገር ወአ ንሶሱ ምስለ እግዚእ።ሆሴ ፲፩፡፱-፲።	4 ነቢይ ሆሴዕ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል ያዕቆብ ንክጠፍእ ሸለል ኣይብሎን እየ ይብል። ከመይ ኣነስ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እየሞ ከም ዕሩቕ ብእሲ ውን ኣይኮንኩን፡ ብቦታ ውን ዝውሰን ኣይኮንኩን፡ ከም ኣብ ምሉእ እየ። ሆሴዕ 11፡9-10።
፭ ዘንተ ወዘይመስሎ ይቤ እግዚአብሔር ቃል በእንተ ዘሀለዎ ይኩን ሰብአ እመቦ ዘይብል ከመ ውእቱ ብእሲ ቅዱስ ወኢኮነ አምላክ እንዘ ለሊሁ ይቤ እስመ አምላክ አነ ወአኮ ብእሲ ውጉዘ ለይኩን።	5 እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ክኸውን ስለዘለዎ ነገን ነዚ ዝመስልን ተዛረበ። ንሱ ኣነስ ኣምላኽ እየ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮንኩን እናበለ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ኣምላኽ ኣይኮነን ዝብል ሰብ እንተሎ ዝተወገዘ ይኹን።
፮ አንሰ አአምን በሥሉስ ቅዱስ ስቡሕ ዘለሙቱ ይሰግድ ኵሉ ከመ እሙንቱ ፫ቱ አካላት ፍጹማነ መልክዕ ወገጽ እንዘ ፭ዱ መለኮቶሙ ወ፭ዱ ህላዌሆሙ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	6 ጐይትነቶም ባህሪኦም ሓደ ክኸውን ከሎ፡ ንሳቶም ብገጽ ብመልክዕ ፍጹማን ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ከምዝኾኑ፡ ኵሉ ብዝሰግ ደሉ ብዘመስግንዎ ብሥሉስ ቅዱስ ኣነ ይኣምን እየ። እዚኣቶም ውን **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።

ዘአቡሊዲስ ም. ፵

፮ ወአአምን ርደቶ እምሰማይ ለፍዳ ዘእምቅድስት ሥላሴ ወተሠግዎቶ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወአስተርእዮቶ ለእግዚአብሔር ቃል መድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ እምኔሃ ወአንሶስዎቶ ማዕከለ ሰብእ እንዘ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ።

፯ ወኢይቤ ፍዳ አምላክ ወካልኡ ብእሲ አላ ፍዳ አካል ወፍዳ ህላዌ ውእቱ ዘእግዚአብሔር ቃል ምስለ ሥጋሁ ዘውእቱ እምእግዝእትነ ማርያም ወዝንቱ ፍዳ ውእቱ እምእግዚአብሔር ወውእቱ እምብእሲት።

፰ ወእንዘ ፍዳ ውእቱ የሐምም ወኢየሐምም የሐምም ወይትዌከፍ ሕማመ በሥጋሁ ወበመለኮቱ ይስዕር ሕማመነ ወበሞቱ ያበጥል ሞተነ ወውእቱ ዘጸገወነ ፈውሰ ለአግብርቲሁ።

፱ ወአብርሀ ሎሙ ለእለ የአምኑ ቦቱ ወወሀቦሙ ሕይወተ ዘለዓለም ወተድላ ሠናይተ እንተ ሀለዋ ትኩን በመንግሥተ ሰማያት በርስት መለኮታዊ።

ክፍል ፭

፲ ፍ ወዓዲ እምነገረ ዝንቱ ቅዱስ አቡሊዲስ ትሩፍ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ዘተናገረ በእንተ ተዋሕዶቱ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ።

፲፩ ወሶበ ይቤ ሰብሐኒ ኮነ ቃል እምሥጋ ወስብሐትሂ ዘተሰብሐ ቦቱ በሥጋ ውእቱ ወበእንተዝ ንብል እስመ መጽአ ቃል በእንተ ኵለንታሁ እስመ ውእቱ ዝንቱ ፍዳ ኵለንታሁ።

፲፪ ወእምዝ ወሰከ በነገር ወይቤ በስብሐትየ ዘሀሎ ኀቤከ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም ወበዝንቱኒ ያጤይቅ መለኮቶ ዘምሉእ ስብሐተ በኵሉ ጊዜ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፵

7 ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ካብ ሰማይ ምውራዱን ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ምኻኑን፡ እግዚኣብሔር ቃል መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብኣ ተወሊዱ ምግላጹን ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ኮይኑ ኣብ መንጎ ሰብ ምምልላሱን ይኣምን እየ።

8 እቲ ሓደ ኣምላኽ እዩ እቲ ካልእ ዕሩቅ ብእሲ እዩ ኣይብልን እየ። እግዚኣብሔር ቃል ምስቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ደኣ እዩ እምበር። ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደን ካብ ድንግል ዝተወልደን እንሆ ሓደ እዩ።

9 ሓደ ስለዝኾነ ከኣ ይሓምምን ኣይሓምምን። ብሥጋኡ ይሓምም ሕማምና ውን ገንዘቡ ይገብር። ብመለኮቱ ንሕማምና የርሕቕ፡ ብሞቱ ውን ንሞትና የጥፍእ። ንኣና ነገልገልቱ ድኅነት ዝሃበና ንሱ እዩ።

10 ንዝኣመንዎ ውን ትንሣኤ ገለጸሎም። ከምኡ ውን ኣብታ ዘለዓለማዊ ሕይወት ብገሥይትነቱ ዘውርሳ መንግሥተ ሰማያት ክትወሃብ ዘለዋ ሓጐስ ነፍሲ ሃቦም።

ክፍሊ 5

11 ከምኡ ውን ብግብሪ ፍጹም ዝኾነ እዚ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣቡሊዲስ ብዛዕባ ተዋሕዶ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝተዛረቦ ኣምጺእና ንዛረብ ኣሎና።

12 “ኣኽብረኒ ግለጸኒ” ምስ በለ፡ ቃል ካብ ሥጋ ተሰምዐ፡ እቲ ዝተገልጸሉ ክብሪ ውን ብሥጋ እዩ። ስለዚ ድማ “እቲ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ” ዝብል ድምጺ፡ ኑቲ መለኮት ካብ ትስብእት ኑቲ ትስብእት ውን ካብ መለኮት ከይፈለየ ከም ዝተዘርበ ንነግር ኣሎና። ከመይ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዚ ሓደ እዩ።

13 ብድጎሪ እቲ ገለጸኒ ምባሉ፡ ቡቲ ዓለም ከይተፈጥረት ምሳኻ ዝነበረኒ ጐይትነተይ ኣኽብረኒ ኢሉ፡ ናይ ባህርይ ክብሩ ተዛረበ። ጐይትነተይ ምባሉ ኑቲ ብኵሉ

ዘአቡሊዲስ ም. ፵- ም. ፵፩	ዘአቡሊዲስ ም. 40- ም.41
ማቴ ፲፯፡፩። ዮሐ ፲፪፡፳፰። ፲፯፡፩-፮።	ዘመኑ ጐይትነት ገንዘቡ ዝኾነ መለኮቱን ኣምላክነቱን የረድእ ። ማቴ 17፡5። ዮሐ 12፡28። 17፡1-6።
፲፬ ወለእመ ኮነ ዝንቱ ነገር ይደሉ ወይበጽሕ ለዕበየ መለኮቱ ውእቱሰ ተናገረ በኀብረት ኵለንታሁ መለኮት ምስለ ትስብእት እስመ ዝንቱ ፩ዱ ዘኮነ እም፪ኤ።	14 እዚ ነገርዚ ዋላ እኳ ኑቲ ልዑል ጐይትነቱ ክንገር ዝግባእን ዝጥዕምን እንተኾነ፡ ንሱስ ፍጹም መለኮት ምስ ትስብእት ሓደ ኮይኑ ተዛረበ። ከመይ ካብ ክልተ ሓደ ዝኾነ ንሱ እዩ።
፲፭ ወከመዝ ንብል እስመ ውእቱ ዕሩይ ምስለ እግዚአብሔር አብ በስብሐተ መለኮት ወሥጋሂ ይትዌከፍ ዘንተ ፩ደ ስመ እስመ ፩ዱ ዋሕድ ውእቱ ምስለ ዘይትዔረዮ ለእግዚአብሔር አብ። ዮሐ ፩፡፲፬-፲፰ ።	15 ስለዚ ምስ እግዚአብሔር አብ ብኣምላክነት ብኽብሪ ሓደ እዩ ንብል። ሥጋ ውን ነዚ ሓደ ስም (ክርስቶስ) ገንዘቡ ይገብር። ምስቲ ንእግዚአብሔር አብ ብመልክዕ ዝመስሎን ብባህርይ ዝመዓራረዮን ምስ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ እዩ። ዮሓ 1፡14-18።
፲፮ ወከማሁ ንብል እስመ ውእቱ ዕሩይ ምስለ እጓለ እመሕያው ወይትዌከፍ መለኮት ስመ እጓለ እመሕያዌ በእንተ ዘተዐረየ ምስሌነ በለቢሰ ሥጋነ ወረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ ። ኢሳ ፱፡፮-፯። ማቴ ፩፡፳፪-፳፬። ፊል ፪፡፭-፲፩ ።	16 ምስ አብ ሓደ እዩ ከምዝበልናዮ፡ ሥጋ ብምውሕሓዱ ውን ምስ ሰብ ሓደ እዩ ንብል። መለኮት ውን ንሰብ ዝግባእ ስም ገንዘቡ ይገብር። ሥጋ ተወሓሒዱ ምስ ባህርይና ሓደ ስለዝኾነ፡ ምስኡ ውን ሓደ ስለዝገበሮ እዩ። ኢሳ 9፡6-7። ማቴ 1፡22-24። ፊል 2፡5-11።
፲፯ ወኢወለጠ ምንትኒ እምህላዌ ሥጋ ዘተዋሐደ ወኀብረትሂ ስመ ዕሪና ውእቱ ዘሎቱ ምስለ እግዚአብሔር አብ ዘዕሩይ ምስሌሁ በከመ ኢተፈልጠ ህላዌ መለኮቱ በተሳትፎቱ ወበአፍቅሮቱ ሰብአ። ማቴ ፳፰፡፲፱። ሉቃ ፩፡፴፪-፴፮። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፡፴። ፩ቆሮ ፰፡፮ ።	17 ካብቲ ዝተዋሓዶ ባህርይ ሥጋ ምንም ኣይለወጠን፡ ሓደ ምኻኑን፡ ንሰብ ፈትዩ ስለ ምውሕሓዱ ባህርየ መለኮቱ ብዘይምልዋጡ፡ ምስኡ ሓደ ምስ ዝኾነ እግዚአብሔር ገንዘቡ ዝኾነ ማዕርነት ዘለዎ ስም እዩ። ማቴ 28፡19። ሉቃ 1፡32-36። ዮሓ 1፡1-14። 10፡30። 1ይ ቆሮ 8፡6።
❖ ❖ ❖	
ምዕራፍ ፵፩ ክፍል ፮	**ምዕራፍ 41 ክፍሊ 6**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ትሩፍ አቡሊዲስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘሀገረ ሮሜ ።	1 ኣብ ሃገረ ሮማ ናይ ዘለዉ ኤጲስ ቆጶሳት ሓለቓ፡ ብግብሪ ፍጹም ዝኾነ እዚ ቅዱስ አቡሊዲስ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፪ ወለእመ ቃል ሥጋ ኮነ በከመ ጽሑፍ እመቦ ዘሰገደ ለቃል ናሁ ሰገደ ለሥጋ ወዘኒ ሰገደ ለሥጋ ናሁ ሰገደ ለእግዚአብሔር ቃል ። ኢሳ ፵፭፡፳፫።	2 ከምቲ ዝተጻሕፈ ቃል ሥጋ ካብ ኮነ፡ ንቃል ዝሰገደ እንተሎ ንሥጋ ሰገደ። ንሥጋ ዝሰገደ ኸኣ እንሆ ንቃል እግዚአብሔር ሰገደ። ኢሳ 45፡23።

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፭	ዘአቡሊዲስ ም. 41
ዮሐ ፭፡፳፫። ፊልጵ ፪፡፲-፲፪ ። ራእ ዮሐ ፰፡፲፫ ።	ዮሓ 5፡23 ። ፊልጵ 2፡10-12 ። ራእ ዮሓ 8፡13።
፫ ወከማሁ ዓዲ አበዊነ ሐዋርያት ሶበ ሰገዱ ለሥጋ ቅዱስ ሰገዱ ለእግዚአብሔር ቃል ወከማሁ መላእክትኒ ኮኑ ይትለአኩ ለአርአያ ሥጋ ወየአምሩ ከመ ውእቱ እግዚአሙ ወይሰግዱ ሎቱ። ማቴ ፬፡፲፭። ፲፬፡፴፫። ፳፰፡፱-፲፯። ሉቃ ፳፬፡፶፭ ። ዕብ ፩፡፮-፱ ።	3 ከምኡ ውን ኣቦታትና ሓዋርያት ነቲ ብተዋሕዶ ዝኸበረ ሥጋ ከምዚ ምስ ሰገዱ ከምኡ ንእግዚኣብሔር ቃል ሰገዱ። ከምኡ ውን መላእኽቲ ንሥጋ ርእዮም የገልግሉ ነበሩ፣ ፈጣሪኦም ምኻኑ ፈሊጦም ከኣ ይሰግዱሉ። ማቴ 4፡11። 14፡33። 28፡9-17። ሉቃ 24፡51 ።
፬ ወሶበሂ ወለደቶ ለሥጋ እግዝእትነ ማርያም ድንግል ወለደቶ ለቃል ወበእንተ ዝንቱ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ዘበአማን ። ዮሐ ፩፡፲፬። ሮሜ ፩፡፫። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፪፡፲፮ ።	4 ድንግል ማርያም ሥጋ ኣብ ዝወለደትሉ ጊዜ ንቃል ወለደቶ። ንቃል ብሥጋ ስለዝወለደቶ ውን ብሓቂ ወላዲተ ኣምላኽ እያ። ዮሓ 1፡1። ሮሜ 1፡3። ገላ 4፡4። ዕብ 2፡16።
፭ ወሶበሂ ሰቀሉ አይሁድ ሥጋሁ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ኪያሁ ሰቀሉ። ዮሐ ፩፡፬። ሮሜ ፭፡፲ ።	5 ኣይሁድ ውን ሰብ ንዝኾነ ናይ ቃል እግዚኣብሔር ሥጋ ምስ ሰቐሉ ንእኡ ነቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ሰቐሉ ። ዮሓ 1፡4። ሮሜ 5፡10።
፮ ወአልቦ ውስተ መጻሕፍት ምንትኒ ፍልጠት ማዕከለ ቃል ወሥጋ አላ አሐዱ ህላዌ ወአሐዱ ገጽ ወአሐዱ ግብር።	6 ኣብ መጻሕፍቲ፣ ኣብ መንጎ ቃልን ሥጋን ምንም ምፍልላይ የሎን። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ግብሪ ደኣዩ እምበር።
፯ ውእቱ ኮለንታሁ አምላክ ወውእቱ ኮለንታሁ ብእሲ ወፍዱ ግብር ዘመለኮት ወዘትስብእት ኀቡረ።	7 ፍጹም ኣምላኽ እዩ፣ ፍጹም ሰብ እዩ፣ ብተዋሕዶ ናይ መለኮትን ናይ ትስብእትን ሥራሕ ሓደ እዩ።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አቡሊዲስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘሀገረ ሮሜ።	8 ርእሲ ኤጲስቆጶሳት ሮማ ዝኾነ እዚ ብግብሪ ፍጹም ቅዱስ ኣቡሊዲስ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፱ ንሕነሰ ነአምን በአስተርእዮተ እግዚአብሔር ቃል ጥዩቀ ወኢያፍልሱነ ዐላውያን በስሕተት ወኢይግድፉነ ለፈ ወለፈ።	9 ንሕናስ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ብግልጺ ንኣምን ኢና። መናፍቓን በቲ ክሕደቶም ኣየናውጹና፣ ናብዝን ናብትን ኣየብሉና።
፲ ወዘሰ የአምን በአፉሁ ከመ እግዚአብሔር መጽአ ወይትአመን በልቡ ከመ ብእሲ ዕሩቅ እምነ መለኮት ኮነ እምብእሲት ዘይትዔረይ ምስሌነ ወኢይትአመን ከመ ወልደ እግዚአብሔር ተወልደ እምብእሲት	10 እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ከምዝኾነ ብልሳኑ ዝኣምን፣ ብልቡ ግና ኣምላኽነት ዘይብሉ ከማና ዕሩቕ ብእሲ ካብ ድንግል ተረኽበ ኢሉ ዝኣምን፣ ናይ እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ባህርይ ወዱ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ ዘይኣምን ሰብ፡ንሱ ተቓዋሚ

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፩	ዘአቡሊዲስ ም. 41
ተቃራኒሆሙ ውእቱ ለምእመናን ወስ ንዐሆሙ ለዐላውያን።	ምእመናን ተሐባባሪ መናፍቅን እዩ።
፲፩ ወለነሰ ይደልወነ ንዕቀብ ትእዛዘ እግዚአብሔር ወአኮ ተቃርኖተ ከመ ሰብእ ዘይትላኰይ ።	11 ነኣና ግና ትእዛዝ እግዚአብሔር ምሕላው ይግብኣና ደኣ እምበር ብሥጋዊ ግብሪ ከም ዝጻላእ ሰብ ምቅዋም ኣይኮነን።
፲፪ አላ ንእመን በቃለ እግዚአብሔር ዘመጽአ ጎቤነ በስምዐ ሐዋርያት ብፁዓን ዘርእዩ ስብሐተ እግዚአብሔር ዘይትሌዐል እምኵሉ ወሰምዑ እንዘ ይከውን ሎቱ አብ ስምዐ እምሰማያት ወሰበኩ ውስተ ዓለም በአምላክ ሥግው። ዮሐ ፩፡፲፬። ፪ጴጥ ፩፡፲፮-፲፱። ፩ዮሐ ፩፡፩-፲። ይሁ ፩፡፲፯ ።	12 እኳ ደኣ በቶም ካብ ኵሉ ዝዓቢይ ጕይትነት እግዚአብሔር ዝረኣዩን፡ **እብ** ካብ ሰማይ ክምስክረሉ ከሎ ዝሰምዑን፡ ሰብ ንዝኾነ ኣምላኽ ንዓለም ብዝሰበኹ ብፁዓን ሓዋርያት ብናቶም ምስክርነት ደኣ ነቲ ሰብ ዝኾነ ቃል እግዚአብሔር ንእመን። ዮሓ 1፡14። 2ይ ጴጥ 1፡16-19። 1ይ ዮሓ 5፡9-13። ይሁ 1፡17።
፲፫ ቃል ዘኮነ ሥጋ ወመንፈስ ዘየሐዩ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውእቱ እንበለ አብ በልደቱ በዲበ ምድር አላ አምላክ ዘወረደ እምሰማይ ወአኮ ብእሲ ዘተወልደ እምዘርአ ብእሲ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭ ።	13 ሥጋ ዝኾነ ቃል፡ ዘድኅን ኣምላኽ ንሱ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ብምድራዊ ልደቱ ኣቦ የብሉን። ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣምላኽ እዩ'ምበር ብዘርኢ ብእሲ ዝተወልደ ዕሩቅ ብእሲ ኣይኮነን። ማቴ 1፡18-25።
፲፬ ወባሕቱ ይሰመይ ወልደ እጓለ እመሕያው በእንተ ትስብእት ከመ ይክሥት በዝንቱ ሥልጣነ መለኮቱ ወያድኅን ዓለመ በስሙ ባሕቲቱ። ዮሐ ፫፡፲፫-፲፱ ።	14 ሥልጣነ መለኮቱ ምእንቲ ኽገልጽን ብፍሉይ ስሙ ንዓለም ከድኅንን ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ወዲ ሰብ ይበሃል ደኣ እምበር። ዮሓ 3፡13-19።
፲፭ ወውእቱ አኀዚሆሙ ለእለ ውስተ ሰማያት ወሎቱ መንበር ውስተ ሰማይ ወይሰግዱ ሎቱ መላእክት ወይሴባሕ በመለኮቱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ። መዝ ፺፫(፺፪)፡፲፱-፳፪። ዕብ ፩፡፮-፲፬። ራእ ዮሐ ፬፡፩-፲፩።	15 ኣብ ሰማይ ንዘለዉ ፈጢሩ ዝገዝእ ንሱ እዩ። ኣብ ሰማይ ዙፋን ኣለዎ፡ መላእክቲ ውን ይሰግድሉ እዮም። ብመለኮቱ ድማ ምስ **ኣብን መንፈስ ቅዱስን** ይምስገን እዩ። መዝ 103(102)፡19-22። ዕብ 1፡6-14። ራእ ዮሓ 4፡1-11።
፲፮ ወኢይርስዑ ዘንተ ምሁራን ከመ ኢይደቁ ውስተ ግዘት እስመ ከመዝ ይቤ ብፁዕ ውእቱ ዘኢተዐቅፈ ብየ። ማቴ ፲፩፡፮። ፪ጴጥ ፫፡፲፮-፲፰።	16 እቶም ዝተማህሩ ውን ብውግዘት ምእንቲ ከይተጎዙ ነዚ ኣይረስዑ። “ብኣይ ዘይጠራጠር ብፁዕ እዩ” ኢሉ ኣሎ። ማቴ 11፡6። 2ይ ጴጥ 3፡16-18።
፲፯ ወእመቦ ዘይፈልጦ ለመድኅን በእንተ ትስብእቱ ወሕማማቲሁ ወይሰግድ ለብእሲ ህየንተ እግዚአብሔር ወይብል እስመ ዘተሰቅለ ዕሩቅ ብእሲ እመለኮት ወያፈልስ መለኮተ ለከዊነ	17 ሰብ ስለዝኾነን መከራ ስለዝተቐበለን ንመድኃኒና ዝኸፍሎ፡ እግዚአብሔር እዩ ኢሉ ክንዲ ዝሰግድ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ዝብል፡ እቲ ዝተሰቐለ ካብ መለኮት ዝተፈልየ ሥጋ እዩ ዝብል፡ መለኮት ናብ ሰብ ምኻን ተለዊጡ እዩ ውን ዝብል

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፩- ም. ፵፪	ዘአቡሊዲስ ም. 41 ም. 42
ትስብእት ኢይረክብ መድኃኒተ ዘእግዚአብሔር ዘኮነ በትስብእቱ። መዝ ፻፱(፻፰)፡፭።፹፱(፹፰)፡፻፱። ፻፲፩(፻፱)፡፱።	እንተሎ ነቲ እግዚአብሔር ሰብ ብምኻን ዝገበረሉ ድኅነት ኣይረክብን እዩ። መዝ 12(11)፡5። 74(73)፡12። 111 (110)፡9።
፲፰ እስመ ዘተወልደ እምብእሲት ሐመ ወሞተ ውእቱ አድኅነነ ወብእሲትሂ ሶበ ወለደት አምላክ አምጽአት ሕይወተ ለዓለም ወዝንቱ ሶበ ተዘከረ በሰብእ አብጽሖ ለሰብእ ኀበ ሱታፌ ሕይወት ባሕቲቱ።ግብ ሐዋ ፲፫፡፳፫።	18 እቲ ካብ ድንግል ዝተወልደ ሓሚሙ ሞተ፡ ንሱ ውን ኣድኃነና። ድንግል ኣምላኽ ምስ ወለደት ናብ ዓለም ሕይወት ኣምጽኣት። እዚ ብልቦና ሰብ እንተ ዝሕሰብ፡ ሕይወት ንእግዚአብሔር ጥራይ ናብ ምምሳል ኣብጽሐ። ግብ ሓዋ 13፡23።
፲፱ ወበሞቱ አብጠለ ሞተ እምኔሆሙ ወበትንሣኤሁ አፍለሶሙ ውስተ ሕይወት ።	19 ብሞቱ ንሞት ካብኣም ኣጥፍኦ። ብትንሣኤኡ ድማ ናብ ሕይወት ኣሰጋገሮም።
፳ እመሰ መድኃኒት ኮነ እምእግዚአብሔር ወአኮ እምካልእ ውተሐደሰ ዓለም ዳግመ ዘሂ ተወልደ ውተሰቅለ ወሐመ መድኅን ውእቱ ወአኮ ዘወለደቶ እግዝእትነ ማርያም ብእሲ ዕሩቅ እመለኮት ወኢዘሰቀልዎ አይሁድ ብእሲ ባሕቲቱ አላ አምላክ ዘተወልደ በሥጋ እምብእሲት ወኪያሁ ሰቀሉ አይሁድ።	20 ድኅነት ካብ እግዚአብሔር እምበር ካብ ካልእ ካብ ዘይተረኽበ፡ ዓለም ውን ዳግማይ ብእኡ ካብ ተሓደሰ፡ እቲ ዝተወልደን ዝተሰቐለን መከራ ዝተቐበለን መድኅን እዩ። እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወለደቶ ካብ መለኮት ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። እቶም ኣይሁድውን ዝሰቐልዎ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ካብ ድንግል ብሥጋ ዝተወልደ ኣምላኽ እዩ እምበር። ኣይሁድ ዝሰቐልዎ ውን ንሱ እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵፪ ክፍል ፰	**ምዕራፍ 42 ክፍሊ 8**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አቡሊዲስ በእንተ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል ።	1 ከምኡ ውን ብዛዕባ ናይ ቃል እግዚአብሔር ሰብ ምኻን እዚ ቅዱስ ኣቡሊዲስ ከምዚ በለ።
፪ አ አኃውየ እስመ ወንጌል አስተዳለወ ለነ መድኃኒተ ወቦቱ አእመርናሁ ለእግዚአብሔር ዘመጽአ ውስተ ዓለም ወአፍለሰ ምግባረ ሰብእ ኀበ ስብሐተ መለኮት ልዑል ሰማያዊ በሕይወት ብፅዕት ። ዮሐ ፲፬፡፲፪። ፲፯፡፩-፳፭። ፩ዮሐ ፩፡፭ ።	2 ኦ ኣኀዋተይ! ወንጌል ድኅነት ኣዳሊልና ኣሎ። ነዚ ናብዚ ዓለምዚ መጺኡ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ውን ብወንጌል ፈለጥናዮ። ብዝተመስገነት ሕይወት ነቲ ሥራሕ ሰብ ናብ መለኮት ዝህቦ ልዑል ሰማያዊ ክብሪ መለሶ። ዮሓ 14፡12። 17፡1-26። 1ይ ዮሓ 1፡5።
፫ ወተፈጥረ በክርስቶስ ሐዲስ ልደት ወኮሉ ዘየአምን በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይከውን አምሳሊሁ ለክርስቶስ	3 ብኢየሱስ ክርስቶስ ሓድሽ ልደት ተረኽበ። ኮሉ ብጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣምን ሰብ ንክርስቶስ ይመስሎ፡

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፪	ዘአቡሊዲስ ም. 42
ወይሬኢ ስብሐቲሁ ወይትዌለጥ ምስሌሁ ውስተ ስብሐት። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፪-፶፬። ፪ቆሮ ፭፡፲፯-፳፩። ራእ ዮሐ ፳፩፡፬-፭።	ክብሩ ውን ይወርስ፡ ምስኡ ንምንባር ብኽብሪ ይልወጥ። 1ይ ቆሮ 15፡52-54። 2ይ ቆሮ 5፡17-21። ራእ ዮሓ 21፡4-5።
፬ ውእቱ ይዌልጥ ኃሣረ ሥጋነ በከመ ተብህለ ወይሬስዮ አምሳለ ሥጋ ስብሐቲሁ ዘከመ እዘዘ ኃይሉ ከመ ይግነይ ሎቱ ኵሉ ፍጥረት ኢይጎድር መኑሂ በአርአያ ሥጋ ወሕማም ሥጋዊ ። ፊልጵ ፫፡፳-፳፩።	4 ንሱ ከም መጠን ከሃሊነቱ ነቲ ዝተገልጸ ሥጋኡ የምስሎ ተባሂሉ ከምዝተነግረ፡ ኵሉ ፍጥረት ኀኽግዝኣሉን ብባህርየ ሥጋ ብሥጋዊ ሕማም ምእንቲ ከይነብርን ንውርደት ሥጋና ይልውጦ። ፊል 3፡2-21።
፭ ወኢይትአመን መኑሂ በክርስቶስ ከመ ውእቱ ብእሲ ባሕቲቱ ዕሩቅ እመለኮት ከመ ኢይድኃፅ እምነ መድኃኒት እስመ ብእሲ ኢይክል ያድኅን ዓለመ ወሞቱ ለብእሲ ኢያነጽሖ ለዘይጠመቅ በስሙ ወኮልነ ንጠመቅ በሞተ ክርስቶስ። ሮሜ ፮፡፫-፭። ፩ቆሮ ፩፡፲፫-፲፯ ።	5 ዝኾነ ይኹን ካብ መለኮት ዝተፈልየ ዕሩቅ ብእሲ እዩ ኢሉ ብክርስቶስ ኣይእመንን። ከመይ ካብ ሕይወት ምእንቲ ከይፍለ። ዕሩቅ ብእሲ ዓለም ኽድኅን ኣይክእልን እዩ። ሞት ናይ ዕሩቕ ብእሲ ንዝኾነ ብስሙ ኣሚኑ ዝጥመቕ ኣየኽብሮን እዩ፡ ኵላትና ብሞት ክርስቶስ ኽንብር ደኣ እምበር።ሮሜ 6፡3-5።1ይ ቆሮ 1፡13-17።
፮ ወነአምን ከመ ውእቱ ሞቱ ለክርስቶስ መላኬ ሕይወትነ አፍለሰ ሞተነ ኀበ ትንሣኤ ወክርስቶስ አብጠለ ሞተ ወአብርሃ ለሕይወት ዘለዓለም በከመ ጽሑፍ ። ግብ ሐዋ ፫፡፲፭። ፬፡፲፪። ዕብ ፪፡፰-፲፯ ።	6 ናይ ሕይወትና መርከቢ ዝኾነ ሞት ክርስቶስ ነቲ ናትና ሞት ናብ ትንሣኤ ከምዝለወጠ ንኣምን ኢና። ክርስቶስ ውን ንሞት ኣጥፊኡ ነታ ዘይትኃልፍ ትንሣኤ ገለጸ ከምዝጸሓፈ። ግብ ሐዋ 3፡15። 4፡12። ዕብ 2፡8-17።
፯ ወኢይክል መኑሂ እምሰብእ ያብጥል መዊተ ወያብርሃ ለሕይወት በከመ ይቤ ዳዊት መኑ ሰብእ ዘየሐዩ ወኢይሬእያ ለሞት ወመኑ ዘያድኅና ለነፍሱ እምእደ ሲኦል። መዝ ፹፱(፹፰)፡፵፰ ።	7 ዝኾነ ይኹን ካብ ወገን ሰብ ውን ንሞት ከጥፍእን ንትንሣኤ ክገልጽን ኣይክእልን እዩ። ብሕያውነት ዝነብር ንሞት ውን ዘይርእያ ሰብ መን እዩ፡ ንነፍሱ ካብ ሲኦል፡ ንሥጋኡ ካብ መቓብር ዘድኅን መን እዩ፡ ኢሉ ዳዊት ከምዝተዛረበ። መዝ 89(88)፡48።
፰ ወዘኢክህለ ያድኅን ነፍሶ እፎመ ይክል ያድኅን ካልእኒ ወዘኢክህለ ፩ደ እፎመ ይክል ያድኅን ኵሎ ዓለመ እስመ ኃጢኣት የኀድር በውስተ ሰብእ ወሞትሂ ይተልዎ። መዝ ፵፱(፵፰)፡፩-፭። ራእ ዮሐ ፮፡፫ ።	8 ንርእሱ ከድኅን ዘይተኻእሎ ከመይ ኢሉ ንካልኦት ከድኅን ይከኣሎ፡ ሓደ ንርእሱ ከድኅን ዘይከኣለስ ንኵሉ ዓለም ከድኅን ከመይ ኢሉ ይኽእል፡ ከመይሲ ኃጢኣት ኣብ ሰብ ኃዲሩ እዩ ዝነብር። መዝ 49(48)፡1-20። ራእ 6፡8።
፱ ይቤ እስመ ሞት ቀነዮሙ ለሰብእ እምአዳም እስከ ሙሴ ወለካልኣንሂ እለ ኢኣበሱ አምሳለ ዕልወቱ ለአዳም	9 ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ ዝነበሩ ሰባትን ከም ኣምሳል በደል ኣዳም ዘይበደሉ ካልኦትን ሞት ከምዝገዝኦም ተዛረበ። ብመጀመርታ ዝበደለ ኣዳም እዩ።

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፪	ዘአቡሊዲስ ም. 42
እምቀዲሙ ዘአበሰ ቦቱ አዳም ወሶበ አበሰ አዳም ሶቤሃ ወለደ ዘከመ አምሳሊሁ። ዘፍ ፫፡፩-፭። ፭፡፫። ሮሜ ፭፡፲፪-፳፩ ።	አዳም አብ ዝበደለሉ ጊዜ ኸኣ ሸዐ ንእኡ ዝመስሉዎ ወለደ። ዘፍጥ 3፡1-24። 5፡3። ሮሜ 5፡12-21።
፲ ወእምውእቱ መዋዕል በጽሐ ላዕለ ኵሉ ፩ዱ ትእዛዝ እምነበ እግዚአብሔር ዘይብል አንተ መሬት ወውስተ መሬት ትገብእ። ዘፍ ፫፡፲፯-፲፱ ።	10 በቲ ጊዜ እቲ ንአዳም መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬት ከኣ ትምለስ ዝብል ካብ እግዚአብሔር ዝተኣዘዘ ሓደ ኣዋጅ አብ ልዕሊ ኵሉ ተነግረ። ዘፍጥ 3፡17-29።
፲፩ ወሙሴ ኢክህለ ያሰስል ሞተ አላ ሎቱኒ እጎዞ ወለኵሎሙ እለ ኮኑ እምድኅሬሁ ቀነዮሙ ሞት። ዘዳግ ፴፪፡፵፯-፶፪። ፴፬፡፭ ።	11 ሙሴ ውን ሞት ኽጥፍእ ኣይከኣለን። ንእኡ ደኣ ኃዘን ገዝኦን እምበር። ካብኡ ንደኃር ዝተንሥኡ ኵሎም ነቢያት ውን ሞት ገዝኦም። ዘዳግ 32፡47-52። 34፡5።
፲፪ ወክርስቶስሰ በሀብቱ ለሊሁ ወሀበ ሕይወተ ለኵሉ ወሃይማኖትኒ በክርስቶስ ይሁብ መንፈሰ ሕይወት ወውእቱ ዘነፍሐ እምድኅረ ትንሣኤሁ ወወሀበነ መንፈሶ ቅዱሰ ወመንፈስ ቅዱስሂ ውእቱ መንፈሰ እግዚአብሔር ወአኮ ዘሰብእ። ዮሐ ፳፡፳፪። ኤፌ ፬፡፮-፲፫። ግብ ሐዋ ፪፡፴፫ ።	12 ክርስቶስ ግና ብለውሃቱ ንሱ ኻኾሉ ሕይወት ሃበ። ብክርስቶስ ምእማን ውን ሕያው ዝግብር መንፈስ ቅዱስ ይህብ። ብድኅሪ ትንሣኤኡ ብንፍሓት መንፈስ ቅዱስ ዘጎደረልና ንሱ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ናይ እግዚአብሔር እስትንፋስ እዩ። ናይ ሰብ ኣይኮነን። ዮሓ 20፡22። ኤፌ 4፡6-13። ግብ ሓዋ 2፡33።
፲፫ እንዘ እግዚአ ነቢያት ወእግዚአ መላእክት አስተርአየ በሥጋ ወሎቱ ይገንዩ እለ ውስተ ሰማያት ወእለ ውስተ ምድር ወመትሕተ ምድር ወሊቃናት እለ ውስተ ሰማያት ወሥልጣናት ወኃይላት ወአኮ ዘይገንዩ ለሰብእ አላ ለአምላክ።	13 ፈጣሪ ነቢያትን መላእኽትን ከሎ ብሥጋ ተገልጸ። ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድሪ ውን ዘለዉ ኵሎም ንእኡ ይግዝኡ። ኣብ ሰማይ ዘለዉ ሊቃነ መላእኽቲ ሥልጣናት ኃይላት ይግዝኡሉ፡ ዝግዝኡ ንኣምላኽ ደኣ እምበር ንሰብ ኣይኮኑን።
፲፬ ወኵሉ ብርክ ይሰግድ ሎቱ እለ በሰማያት ወእምድር ወመትሕተ ምድር ወየአምን ከመ እግዚእ ውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ በስብሐተ እግዚአብሔር አብ። ኢሳ ፵፭፡፳። ፊልጵ ፪፡፱-፲፪። ፩ጴጥ ፫፡፳፪ ።	14 ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድሪ ውን ዘሎ ኵሉ ፍጥረት፡ ብርኪ ኵሉ ይሰግደሉ። ከም ጐይትነት **እግዚኣብሔር አብ ኢየሱስ ክርስቶስ** ናይ ባህርይ ገዛኢ ከምዝኾነ ልሳን ኵሉ ፍጥረት የኣምን እዩ። ኢሳ 45፡20። ፊል 2፡9-12። 1ይ ጴጥ 3፡22።
፲፭ እንከሰ እስመ ክርስቶስ አስተርአየ በሥጋ ዘኢያስተርኢ ፍጹመ ወተናገረ ከመ አምላክ ወገብረ ኵሎ ዘከመ አምላክ ወውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን።	15 እምበኣር ፈጺሙ ዘይርአ ዝነበረ ክርስቶስ ብሥጋ ተገልጸ፡ ኣምላኽ ከምዝኾነ ተዛረበ። ኣምላኽ ብምኻኑ ኵሉ ሥራሕ ኣምላኽ ሠርሐ። ንሱ ብሓቂ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ እዩ።
፲፮ ሐገገ ሕገ ለሰብእ እንዘ ይብል አነ እብለክሙ ወአዘዘ ነፍሳተ ወባሕረ ወመናፍስተ ርኵሳነ።ማቴ ፭፡፳፩-፵፯።	16 ኣነ እብለኩም ኣሎኹ እናበለ ንሰብ ሕጊ ሠርዐ። ንነፍሳትን ባሕርን ርኵሳን መናፍስትን ኣዘዘ። ማቴ 5፡21-47።

ዘአቡሊዲስ ም. ፵፪	ዘአቡሊዲስ ም. 42
ማር ፩፡፳፫-፳፰። ፬፡፴፭-፵፩ ፲፯ ወሰብእሰ እለ የኃድር እግዚአብሔር ላዕሌሆሙ ወኃይል እምእግዚአብሔር ኢይክሉ የሐግጉ ሕገ እምርእሶሙ ወኢይክሉ የአዝዙ ዘእንበለ በኃይለ እግዚአብሔር ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ እስመ አነ እብለክሙ ዘንተ ወአኮ እግዚእየ ወዓዲ ይቤ በካልእ ገጽ አኮ አነ ዘእብል ዘንተ አላ ውእቱ እግዚእየ። ፩ቆሮ ፯፡፲-፲፪።	ማር 1-23-28። 4-35-41። 17 እግዚአብሔር ዝኃደሮም ካብ እግዚአብሔር ውን ሥልጣን ዝተዋህቦም ሰባት ግና ካብ ርእሶም ኣንቂያም ሕጊ ክሥርዑ ኣይክእሉን እዮም። ብረድኤት እግዚአብሔር እዩ እምበር ክእዝዙ ኣይክኣሎምን እዩ። በዚ ነገርዚ ውን ሓዋርያ ጳውሎስ “እዚ ኣነ ዝነግረኩም እዩ እምበር ጐይታይ ኣይኮነን” በለ። ከምኡ ውን ኣብ ካልእ ዓንቀጽ ነዚ ዝዛረብ “ኣነ ኣይኮንኩን ጐይታይ እዩ” ደኣ እምበር በለ። 1ይ ቆሮ 7፡10-12።
፲፰ ወበዝንቱ ይከሥት ትእዛዘ ከመ ውእቱ እምኀበ ክርስቶስ ወአኮ እምርእሱ ወእንዘ ያርኢ ምክረ ኢይቤ በእንተ ምግባር ከመ እምዚአሁ አላ እምነ መንፈስ ተውህቦ እምኀበ ክርስቶስ ወለሊሁኒ ይቤ ብየ መንፈሰ እግዚአብሔር እመሰ ኮንክሙ ተኀሥሡ ምክረ ክርስቶስ ዘይነብብ በላዕሌየ። ግብ ሐዋ ፲፫፡፮-፲፪። ፲፮፡፲፰። ፩ቆሮ ፯፡፵። ፪ቆሮ ፲፫፡፫።	18 ካብ ርእሱ ዘይኮነስ ካብ ክርስቶስ ከምዝኾነ ምእዛዙ በዚ የረድእ። ትምህርቱ ክምህርን ተኣምራቱን ካብ ርእሱ ኣንቂዑ ከምዝገበሮ ኣይተዛረበን። ካብ ክርስቶስ ብዝተዋህቦ ብመንፈስ ቅዱስ ከምዝገበሮ ደኣ ተዛረበ እምበር። ንሱ ውን ኣባይ ኃዲሩ ዝዛረብ ምኽሪ ክርስቶስ እንተ ደሊኹም ናይ እግዚኣብሔር እስትንፋስ ኃዲሩኒ ኣሎ በለ። ግብ ሓዋ 13፡6-12። 16፡18። 1ይ ቆሮ 7፡40። 2ይ ቆሮ 13፡3።
፲፱ እመቦ ዘይብል እስመ ክርስቶስ ብእሲ ዘኀደረ ቦቱ አምላክ ውጉዘ ለይኩን ዝኩሰ ረሲዕ ረሰዮ ለእግዚእ ከመ ፩ዱ እምአግብርት ወአፍለስ ጽድቀ መለኮቱ ወረሰዮ ዘከመ ኮነ ድኅረ አምላክ እንዘ ኢኮነ አምላክ በጽድቅ ወያሰትት ስግደተነ ለመድኀን።	19 ክርስቶስ፡ ኣምላኽ ዝኃደሮ ሰብ ከምዝኾነ ዝዛረብ እንተልዩ ዝተፈልየ ዝተወግዘ ይኹን። እዚ ኣምልኾተ እግዚኣብሔር ዝዘንግዔ ረሲእ ሰብ ንናይ ባህርይ ገዛኢ ክርስቶስ ከምቶም ተገዛእቲ ከም ሓደ ገበሮ፡ ባህርየ መለኮቱ ለዊጡ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዘይነበረ ደኃር ኣምላኽ ዝኾነ ገበሮ። ንክርስቶስ ምስጋድና ውን ይነቅፍ።
፳ ንሕነሰ ንሰግድ ለክርስቶስ በከመ ውእቱ አምላክ ወአኮ ከመ ውእቱ ማኅደር ለካልእ አምላክ ወኢነአምር መኑ ውእቱ እግዚእ ወመኑ ውእቱ ገብር ወመኑ ውእቱ መድኀን ወመኑ ውእቱ መንፈስ ማሕየዊ ዘየሐዩ ዘእንበለ ፩ዱ ክርስቶስ በከመ ተብህለ በመጽሐፍ። ዮሐ ፬፡፮-፵፫። ፮፡፷፫።	20 ንሕና ግና ኣምላኽ ከምዝኾነ ኣሚንና ንሰግድ፡ ኃኻልእ ኣምላኽ መጎደሪ እዩ ኢልና ኣይኮንናን። ገዛኢ መን እዩ፡ ተገዛኢኸ መን እዩ፡ ኣይንፈልጥን። እቲ ዘድኀን መን እዩ፡ እቲ ሕያው ማሕየዊ ኣምላኽኸ መን እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ከምዝተነግረ ሓደ ክርስቶስ እዩ። ዮሓ 4፡6-43። 6፡63።
፳፩ ወምንት ውእቱ መንፈሰ ሕይወት ወመኑ ውእቱ አዳም ወመኑ ውእቱ ምድራዊ ወመኑ ውእቱ ሰማያዊ	21 ዘድኀን ሕይወት እንታይ እዩ፡ ኣዳምከ መን እዩ፡ ምድራዊኸ መን እዩ፡ ካብ ድንግል ማርያም ሥጋ ብምውሳዱ ብባህርይ ሰብ ዝተገልጸ ሰማያዊ መን እዩ፡

ዘአቡሊድስ ም ፵፪፡ ዘመጠሊጎን ም. ፵፫

ዘተረክበ በአርአያ ሰብእ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ እምድንግል ማርያም ወውእቱ አምላክ ኃያል በእንተ ዘተዋሕደ ምስሌሁ መለኮት ሰማያዊ። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፭-፶

፵፪ ዝንቱ ዘሎቱ ስብሐት ምስለ ኄር አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፵፫ ክፍል ፩

፩ ይቤ መጠሊጎን ኮኑ ጎጉላነ ኢማእምራነ ርትዕት ሃይማኖት ከመ ፩ዱ ህላዌሁ ለወልድ ምስለ ሥጋሁ።

፪ ለእመ ኮነ ፩ደ ህላዌ በአማን ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ዘተወልደ በዘኢይትረከብ አምሳል ወሰበሂ ነሥአ ሥጋነ ኢነሥአ ሥጋ ዘእንበለ ነፍስ አላ ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት ወነባቢት ወአሰተርአየ ብእሴ ወፂአ እምብእሲት።

፫ ወበዝሂ ግብር ኢይትከፈል ጎበ ፪ኤ አካል ወኢይትበሀል ፪ኤ አላ ፩ዱ ግብሩ ዘከመ ትካት እንበለ ፍልጠት።

፬ ወአኮ ውእቱ እንበለ ሥጋ ወኢሂ ሥጋሁ በምትሐት አላ ውእቱ ሥጋሁ እሙነ በተዋሕዶ ዘእንበለ ፍልጠት ወዘእንበለ ውላጤ ወኢክፍለት ወዘኢየአምን ዘንተ ያጤይቀነ ከመ ውእቱ ንፉቅ።

፭ ወዓዲ ንብል አልቦቱ ቱሳሔ ወኢካልእ ነገር ዘከመ ወኢይተልዎ ንባበ ቱሳሔ በእንተ ነገረ ተዋሕዶቱ ዘበአማን።

፮ ወሶበ ንቤ ዋሕድ ወልድ ወልደ እግዚአብሔር ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ወበእንተ ዝንቱሂ ነገር ኢይበውእ ቱሳሔ ውስቴቱ ዘከመ የአምኑ እልክቱ ወኢተወለጠ ህላዌ ቃል ጎበ

ዘአቡሊድስ ም 42፡ ዘመጠሊጎን ም. 43

ሰማያዊ መለኮት ሥጋ ስለ ዝተዋሓደ ኃያል ኣምላኽ ንሱ እዩ። 1ይ ቆሮ 15፡45-50።

22 ምስ ለዋህ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ንዘለዓለም ክብርን ምስጋናን ናቱ ዝኾነ ብሓቂ እዚ እዩ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 43 ክፍሊ 1

1 መጠሊጎን፡ እቶም ባህርየ ወልድ ምስ ሥጋኡ ሓደ ከምዝኾነ ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዘይፈልጡ ዝተጐድኡ ኮኑ በለ።

2 ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ውን ካብ ኮነ፡ ብዘይምርመር ግብሪ ዝተወልደ ብሓቂ ቃል እግዚኣብሔር እዩ። ሥጋና ክዋሓድ ከሎ ንነፍሲ ኃዲጉ ሥጋ ጥራይ ኣይተዋሓደን። ምስቲ እትፈልጥ እትዛረብ ነፍሲ ገንዘቡ ዝኾነ ሥጋ ተዋሓደ እምበር።

3 ሰብ ኮይኑ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ ተገልጸ። በዚ ብምውሓዱ ኽኣ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ናብ ምኻን ኣይክፈልን እዩ። ክልተ ባህርይ ውን ኣይበሃልን እዩ። ብዘይምፍላይ ከም ቀደሙ ሥራሑ ሓደ እዩ።

4 ሥጋ ዘይወሰደ ኣይኮነን፡ እቲ ሥጋኡ ውን ብምትሓት ኣይኮነን። ብዘይምፍላይ ብዘይምልዋጥ ብዘይምኽፋል ብተዋሕዶ ሓቀኛ ሥጋኡ እዩ ደኣ እምበር። ነዚ ዘይኣምን ተጠራጣሪ መናፍቕ ከምዝኾነ የረድኣና።

5 ካልእ ውን ምትሕውዋስን ነዚ ዝመስል ካልእ ነገርን የብሉን ንብል። እቲ ተዋሕዶ ሓቀኛ ስለ ዝኾነ ተሓዋወሰ ምባል ኣይሰማምዖን እዩ።

6 ወዲ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ ክንብል ከሎና በዚ ነገርዚ እንተኾነ ውን ንሳቶም ከምዝኣምንዎ ምትሕውዋስ የብሉን። ናይ ባህርየ ቃል ናብ ባህርየ ሥጋ ምኻን

ዘመጠሊጎን ም ፵፫፡ዘአዮክንድዮስ ም. ፵፬	ዘመጠሊጎን ም 43፡ዘአዮክንድዮስ ም. 44
ህላዌ ትስብእት ወህላዌ ትስብእት ኀበ ህላዌ ቃል ዳእሙ ይሄልዉ ፪ቱ ህላዌያት በበህላዌሆሙ እንበለ ውላጤ ።ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ፫፡፲፰። ፩ቆሮ ፰፡፮።	ባህርየ ሥጋ ውን ናብ ባህርየ ቃል ናብ ምኳን ኣይተለወጡን። ክልቲኦም ባህርያት ብዘይምልውዋጥ ብዘይ ምትሕውሳ ጸኒያም ይነብሩ ደኣ እምበር። ዮሓ 1፡1-18። 3፡18። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፯ ወንጌይቅ ንሕነ ዘነበብናሁ ቅድመ ወአእመርነ ተዋሕዶተ ኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ፩ዱ ህላዌሁ ለወልድ ዘተሠገወ በከመ ይቤ።	7 ነቲ ኣቐዲምና ዝተዛረብናዮ ንርዳእ ኢና። ሰብ ዝኾነ ናይ ወልድ ዋሕድ ኣካሉ ሓደ እዩ ከምዝበልናዮ፡ ዘይምርመርን ዘይንገርን ተዋሕዶኡ ንፈልጥ ኢና።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵፬ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 44 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ አዮክንድዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ውስተ መልእክቱ ዓቢይ ኀበ ቅዱስ ሳዊርያኖስ ኢጲስ ቆጶስ ዘኤላ።	1 ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ኣዮክንድዮስ ናብ ናይ ኤላ ኤጲስቆጶስ ሳዊርያኖስ ኣብ ዝለኣኾ ዓቢይ መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፪ አመ ጊዜ ወረደ እግዚአብሔር ቃል እምሰማያት ወኀደረ ውስተ ከርሣ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወተሰብአ እምኔሃ ኢያምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማያት ወመለኮቱሂ ኢኮነ እምድር አላ አምላክ ውእቱ።	2 እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ምስ ወረደ፡ ኣብ ማኅፀን እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ኀደረ፡ ካብኣ ውን ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ካብ ሰማይ ሥጋ ኺዙ ኣይመጸን። መለኮቱ ውን ካብ ምድሪ ኣይተረኽበን፡ ንሱስ ቀዳማዊ ኣምላኽ እዩ ደኣ እምበር።
፫ ወለሊሁ ሐነፀ ሥጋሁ ውስተ ከርሠ ድንግል ወኢተሳተፎ መኑሂ በፈጢረ ሥጋሁ አላ ለሊሁ ባሕቲቱ ፈጠሮ።	3 ንሱ ውን ሥጋኡ ኣብ ማኅፀን ድንግል ፈጠረ። ሥጋኡ ኣብ ምፍጣር ውን ማንም ሓጋዚ ኣይኮነን፡ ንሱ ባዕሉ ፈጠሮ እምበር።
፬ ወንትአመን እስመ በኵሉ ዘገብሮ ትስብእት ኢተፈልጠ እምኔሁ መለኮት ኢኣሐተ ሰዓተ ወንትአመን እስመ አመ ጊዜ መጽአ እግዚእነ ወመድኃኒነ አኀበረ መለኮቶ ምስለ ትስብእቱ በተዋሕዶ ።	4 ኣብ ኵሉ እቲ ሥጋ ዝሠርሖ ሥራሕ፡ መለኮት ንሓንቲ ሰዓት እኳ ካብኡ ከም ዘይተፈልየ ንኣምን ኢና። ጐይታናን መድኃኒናን ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ነቲ መለኮቱ ምስ ሥጋኡ ብተዋሕዶ ሓደ ከምዝገበረ ንኣምን።
፭ ወእምድኅረ ተዋሐደ መለኮት ምስለ ትስብእት ኢተፈልጠ እንከ ተዋሕዶቶሙ በምንትኒ እምነ ምግባራት እስመ ኢይትፈለጡ ወበከመ ለመለኮቱ አልቦቱ ጥንት ከማሁ እምድኅረ ትንሣኤሁ እሙታን አልቦቱ ለትስብእት ተፍጻሜት።	5 መለኮት ምስ ትስብእት ድኅሪ ምውሕሓዱ ብዝኾነ ሥራሕ ካብ ሓድነቶም ፈጺሙ ኣይተፈልየን፡ ምፍላይ የብሎምን። ንመለኮት ጥንት ከምዘይብሉ ድኅሪ ትንሣኤኡ ውን ከምኡ ንትስብእት ፍጻሜ የብሉን።
፮ ወጠበወ ሐሊበ እምብእሲት እንዘ ይትወሐድ መለኮት ምስለ ትስብእት በተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ኢተሐሊ	6 መለኮት ብዘይምርመር ተዋሕዶ ምስ ሥጋ ሓደ ኮይኑ ካብ ድንግል ጸባ ጠበወ። ናይ መለኮት ጥንት ምርካብ፡ ድኅሪ እቲ

ዘአዮክንድዮስ ም. ፵፬ ዘሰለባስትርዮስ ም. ፵፭	ዘአዮክንድዮስ ም. 44 ዘሰለባስትርዮስ ም. 45
ጥንተ ለመለኮት እምአመ ሐረ እግዚአብሔር ቃል ጎበ ዮርዳኖስ ከመ ይጠመቅ እምዮሐንስ ወመጽአ ለዉቱ ቃለ አብ እምሰማይ ወሰምዐ ዮሐንስ አኮ ከመዝ አላ እንዘ አልቦቱ ጥንት አመ ጊዜ ጎደረ ውስተ ከርሣ ለማርያም ድንግል ወኮነ ፭ደ ሥጋ ምስለ መለኮት ወተሳተፎ መለኮት ለትስብእት በ፭ዱ ተዋሕዶ ዘእንበለ ውላጤ ወዘእንበለ ፍልጠት።	እግዚአብሔር ቃል ብኢድ ዮሓንስ ክጥመቕ ናብ ዮርዳኖስ ምስ ከደ እሞ ካብ ሰማይ ናይ አብ ቃል ካብ ዝተነግረሉን ድኅሪ ዮሓንስ ምስምዑን እዩ ኣይትበል። ከምዚ ኣይኮነን። እቲ ጥንቲ ዘይብሉ ኣብ ማኅፀን እመቤትና ቅድስት ድንግል ምስ ኃደረ፡ ሥጋ ምስ መለኮት ብተዋሕዶ ሓደ ኮነ። መለኮት ውን ንትስብእት ምፍላይን ምልዋጥን ብዘይብሉ ተዋሕዶ ተዋሓደ ደኣ እምበር።
፯ አልቦቱ ለመለኮት ፍልጠት እምትስብእት እንዘ ስቁል ዲበ ዕፀ መስቀል ኢተፈልጠ መለኮቱ እምትስብእቱ ኢአሐተ ሰዓተ ወኢከመ ቅጽበተ ዐይን ወእንዘሂ ውስተ መቃብር ኢተፈልጠ መለኮት እምትስብእቱ።	7 ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከሎ ንመለኮት ካብ ትስብእት ምፍላይ የብሉን። ንሓንቲ ሰዓት ናይ ዓይኒ ሰም ዝኸውን እኳ መለኮት ካብ ትስብእት ኣይተፈልየን። ኣብ ውሽጢ መቓብር ከሎ ውን መለኮት ካብ ትስብእት ኣይተፈልየን።
፰ ወዐርገ ውስተ ሰማያት በሥጋ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ድንግል ማርያም ወነበረ በየማነ አቡሁ ኄር ዝንቱ ውእቱ አርትዖ ሃይማኖት።	8 ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝወሰዶ ሥጋ ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ማዕረ አቦኡ ውን ተቐመጠ። እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት እዚ እዩ።
፱ እመቦ ዘኢየአምር ከመዝ እስመ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ታወፅኦ ወእግዚአብሔር ፈጣሪሃ ያወግዞ።	9 ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን እንተሎ እታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ትፈልዮ እያ። ፈጣሪኣ እግዚኣብሔር ውን ይፈልዮ እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵፭ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 45 ክፍሊ 1**
፩ እምነ ተዋሥኦተ ሰለባስትርዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ምስለ አይሁድ በእንተ ሕማማቲሁ ለመድኅን እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	1 ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ሰለባስትርዮስ ብዛዕባ ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማሙ ምስ ኣይሁድ ኣብ ዝገበሮ ክርክር።
፪ ይቤ ሰለባስትርዮስ ለእመቦ ያም ወይፈቅዱ መቲሮቶ በማሕፄ በመንፈቀ መዓልት እንዘ ይከድኖ ፀሐይ ወሶበ ይዘብጥዎ በማሕፄ ለያም አኮኑ ዝብጠተ ማሕፄ ይወድቅ ዲበ ጕንደ ያም እንዘ ላዕሌሁ ፀሐይ ይቤሎ ኖኅ አይሁዳዊ እወ።	2 ይብል ሰለባስትርዮስ፡ ኣም እንተሎ እሞ ብቐትሪ ፍርቂ መዓልቲ ክኣ ፀሓይ ወዲቕዎ ከሎ ብምሳር ክንቄርጾ ኢና እንተ በሉ፡ ነቲ ኣም ብምሳር ክወቕዕዎ ከለዉ፡ ፀሓይ ወዲቕዎ ከሎ ናይቲ ምሳር ኃይሊ ኣብ ልዕሊ ጕንዱ ይወድቕ እንድዩ፡ በለ። እቲ ኖኅ ዝተባህለ ኣይሁዳዊ ድማ ሓቂ እዩ እወ በለ።

ዘሰለባስትርዮስ ም. 45፡ዘናጣሊስ ም. ፵፮	ዘሰለባስትርዮስ ም. 45፡ዘናጣሊስ ም. 46
፫ ይቤ ሰለባስትርዮስ ይደሉኑ ይምትሮ ማሕፄ ለፀሐይ አው ይግበር ቦቱ ትእምርተ እንዘ ውእቱ ይከድኖሙ ለማሕፄ ወለያም ይቤ ኖኅ አልቦ።	3 ሰለባስትርዮስ ከአ ፀሐይ አብ ልዕሊ አምን ልዕሊ ምሳርን ወዲቹ ከሎ እቲ ምሳር ኑቲ ፀሐይ ኪቼርጸ ኮነ ምልክት ኽንብረሉ ይከአሎ ዶ፡ በለ። ኖኅ ድማ አይከአሎን ኢሉ መለሰ።
፬ ይቤሎ ሰለባስትርዮስ ከመዝ ውእቱ ባህልነ በእንተ ሕማማቲሁ ለክርስቶስ እስመ ሥጋ ይትሜሰል ከመ ያም ወሕማማቲሁ ከመ ማሕፄ ወፀሐይኒ ከመ መለኮት ወከመዝ ሐመ እግዚእነ ክርስቶስ በሥጋ እንዘ ኢይረክቦ ለመለኮት ምንትኒ እምሕማማት።	4 ሰለባስትሮስ ድማ ብዛዕባ ሕማምን ሞትን ክርስቶስ እንከሎ ከምዚ እዩ። ሥጋኡ ብአም፡ ሕማሙ ብምሳር፡ መለኮት ውን ብፀሓይ ይምሰሉ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንመለኮቱ ምንም ካብ ሕማም ከይረኸቦ ብሥጋ ሓመመ በሎ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵፮ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 46 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ናጣሊስ ማኅቶት ብሩህ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ዓባይ ሀገር።	1 ዘብርህ ቀንዴል ናይታ ዓባይ ሃገር ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ናጣሊስ ከምዚ በለ።
፪ አአምን ካዕበ በእንተ ሥርዓተ መድኃኒነ በሥጋ እስመ እግዚአብሔር ቃል ነበረ በዘዚአሁ እንዘ ኢይትዌለጥ ወእንዘ ኢይትመየጥ ኮነ በሥጋ ከመ የሐድሶ ለእንለ እመሕያው።	2 መድኃኒና ብሥጋ ዝገበሮ ተዋሕዶ ይኣምን እየ። ከመይ እግዚአብሔር ቃል ብኣካሉ ብባህርዩ ጸኒው ነይሩ እዩ። ንሰብ ምእንቲ ከሐድሶ ድማ ከይተለወጠን ባህሪኡ ከይገደፈን ሰብ ኮነ።
፫ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በልደት ቀዳማዊ እምእግዚአብሔር አብ ወኮነ ወልደ እንለ እመሕያው በልደት ዘይእዜ እምድንግል። ገላ ፬፡፬ ።	3 ቦቲ ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተወልዶ ቀዳማይ ልደቱ ወዲ እግዚአብሔር አብ እዩ። ካብ ድንግል ብዝተወልዶ ዳጎራዋይ ልደቱ ድማ ወዲ ሰብ ኮነ። ገላ 4፡4።
፬ ፭ዱ ውእቱ አምላክ ፍጹም ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮት ወውእቱ ክመ ብእሲ ፍጹም በልደት እምድንግል ዕሩይ ምስለ እንለ እመሕያው በሥጋ።	4 ንሱ ሓደ፡ ብመለኮት ምስ አብ ሓደ ማዕረ ዝኾነ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ንሱ ጥራይ ካብ ድንግል ብዝተወልዶ ልደት ብሥጋ ምስ ሰብ ሓደ ዝኾነ ፍጹም ሰብ እዩ።
፭ እመቦ ዘይብል ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አውረደ ሥጋ እምሰማይ አው ዘይብል እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ ዕሩይ ምስለ አብ በጥንተ ህላዌ ውጉዘ ለይኩን።	5 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ሥጋ ኺዙ ከምዝመጸ ዝዛረብ ወይ ከአ እቲ ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ብቅድምና ምንባር ምስ አብ ማዕረ እዩ ዝብል እንተሎ ዝተወገዘ ዝተፈለየ ይኹን።
፮ እመቦ ዘኢይትአመን ከመ ሥጋ እግዚእነ ውእቱ እምድንግል ወውእቱ ዕሩይ ምስሌነ ውጉዘ ለይኩን።	6 ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ድንግል ከምዝተረክበ፡ ምሳና ውን ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ዝተወግዘን ዝተፈልየን ይኹን።

ዘናጣሊስ ም. ፵፮ ፥ ዘኤፍሬም ም. ፵፯

፯ እመቦ ዘይብል በእንተ እግዚእነ ወመድኃኒነ ዘተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል በሥጋ ከመ ሥጋሁ እንበለ ነፍስ አው መንፈስ ውእቱ አው ኢነባቢ ውእቱ ውጉዘ ለይኩን።

፰ እመቦ ዘይትበሀል ወይብል በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ሐመ በመለኮት ወአኮ በሥጋ ኃዲጎ ቃለ መጻሕፍት ዘይብል እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ውጉዘ ለይኩን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፵፮ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ ማሪ ኤፍሬም ወመምህር ሶርያዊ አፈ በረከት በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ እግዝእትነ ማርያም ድንግል በኵሉ ጊዜ እምአመ ልደታ እስከ አመ ዕረፍታ ወፍልሰታ።

፪ አ ለዝንቱ መንክር ልዑል ላዕለ ኵሉ ሕሊናት ብእሲት ምድራዊት ወለደቶ ለእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ድንግል ወለደቶ ለገባሪሃ ወለሊሁ ፈጠረ ወላዲቶ ወእምኔሃ ነሥአ ሥጋነ ዘውእቱ ፈጣሪ። ገላ ፬፡፬ ።

፫ ተወልደ ኀቤነ በትሕትናሁ ወውእቱ ለሐኰነ በእንተ አፍቅሮቱ ኪያነ ወለደቶ ኀቤነ ወአስተርአየ ከመ ውእቱ ፈጣሪ። ፊልጵ ፪፡፯-፰ ።

፬ ወለሊሁ ፈጠረ ለዓቱ ሥጋ እምድንግል ወነሥአ እምኔሃ አባለ እንዘ ውእቱ ፈጣሬ ኵሉ ፍጡራን ወነሥአ ዘኢዘአሁ ወለሊሁ ፈጠረ ዘነሥአ።

፭ ኀሠሠ ሥጋ ብእሲት ወውእቱ ፈጠረ ኵሎ በአካለ ዚአሃ ከመ ይክሥት ጽድቀ ትስብእት አኮ በእንተ መፍቅድ ዘነሥአ እምኔሃ።መዝ ፻፴፪(፻፴፩)፡፲፫።

፮ በጽሐ በዘኢልማድ በካልእ መንክር

ዘናጣሊስ ም. 46 ፥ ዘኤፍሬም ም. 47

7 ብዛዕባ ጐይታናን መድኃኒናን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሲዱ ሰብ ስለ ዝኾነ፥ ነቲ ሥጋኡ ነፍስ የብሉን ምትሓት እዩ ወይ ዘይዛረብ እዩ ዝብል ሰብ እንተሎ ዝተወግዘ ዝተፈልየ ይኹን።

8 ነቲ ክርስቶስ ብሥጋ ምእንታና ሓመመ ዝብል ቃል መጽሓፍ ገዲፉ፥ ብድፍረት ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሥጋ ዘይኮነስ ብመለኮት ሓመመ ዝብል እንተሎ ዝተወገዘ ዝተፈለየ ይኹን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 47 ክፍሊ 1

1 ሊቅ መምህር ሶርያ፥ ኣፈ በረከት ቅዱስ ኤፍሬም ብዛዕባታ ብኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት እግዝእትነ ማርያም ካብ ልደታ ክሳዕ ዕረፍታን ፍልሰታን፥ ኣብ ዝደረሶ ድርሳኑ ከምዚ በለ።

2 ልዕሊ ኵሉ ሕሊና ዝኾነ ነዚ ዕጹብ ምሥጢርዚ ምድናቕ ይግባእ። ምድራዊት ሰበይቲ ሰብ ንዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ወለደቶ። ድንግል ንፈጣሪኣ ወለደት፥ ንሱ ድማ ንወላዲቱ ፈጠረ። ካብኣ ውን ነቲ ንሱ ዝፈጠሮ ሥጋ ተዋሓደ። ገላ 4፡4።

3 ብትሕትና ተዋሪዱ ብናትና ባህርይ ተወልደ። ንሱ ንኣና ስለዝፈተወ ፈጠረና። ብናትና ባህርይ ወለደቶ፥ ፈጣሪ ከምዝኾነ ውን ተፈልጠ። ፊል 2፡7-8።

4 ንሱ ምእንቲ ክዋሓዶ ሥጋ ካብ ድንግል ፈጠረ። ባህሪኣ ባህሪኡ ገበረ፥ ንኵሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ከሎ ነቲ ባህሪኡ ዘይነበረ ሥጋ ተዋሓዶ። ነቲ ዝተዋሓዶ ባህርይ ዝፈጠረ ውን ንሱ እዩ።

5 ሥጋ ድንግል መረጸ። ሰብ ከም ዝኾነ ንከረድኣ ነቲ ፍጹም ኣካሉ ኣብ ማኅፀና ፈጠረ። ካብኣ ሥጋ ዝተዋሓደ ንክጠቕሞ ኢሉ ኣይኮነን።መዝ 132(131)፡13 ።

6 በቲ ፍሉይ ዝኾነ ድንቂ ዝገብር፥ ምልዋጥ

ዘኤፍሬም ም. ፵፯	ዘኤፍሬም ም. 47
ልደት እምነ ሥጋ ይትወከፍ ሙስና ነሥአ ሥጋ ዘይትማሰል ኪያነ ዘውእቱ ዕሩይ ምስለ ኵሉ ዘወፅአ እምህላዌነ ዝንቱ አሐዱ ህላዌ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ተወክፈ ሙስና በህላዌ ሥጋ እንዘ ውእቱ እምርሑቅ እሙስና በመለኮት።ኢሳ ፱፥፮-፯። ፪ቆሮ ፭፥፳፩። ፊልጵ ፪፥፭-፱ ።	ዝሰማምየ ዝነበረ ሥጋ ዝተወልዶ ልደት ናብ ዘይተለምደ ነገር (ናብ ስቕለት፥ ሞት) በጽሐ። ንኣና ዝመስል ሥጋ ገንዘቡ ገበረ። እዚ ውን ምስ ኵሉ ሓደ እዩ። ካብ ባህርይና ዝተረኽበ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ንሱ ሕማም ሞት ዘይብሉ ከሎ፥ ብባህርየ ሥጋ ውን ኃጢኣት ዘይብሉ ከሎ ንሱ ሓመመ ሞተ። ኢሳ 9፥6-7። 2ይ ቆሮ 5፥21። ፊልጵ 2፥5-9።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፯ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ማሪ ኤፍሬም ሶርያዊ በተፍጻሜተ ዝንቱ ድርሳን።	7 እዚ መምህር ሶርያ ዝኾነ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኤፍሬም፥ ኣብ መወዳእታ እዚ ድርሳንዚ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፰ እምደብረ ሲና ወሀበ እግዚኣብሔር ፪ኤ ጽላተ ዘጸሐፈ ቦቶን ትእዛዘ በእዴሁ ወእምኔኪ ፈጠረ እግዚኣብሔር ጽላተ ቅዱሰ ዘውእቱ ሥጋሁ ። ዘፀአ ፴፬፥፳፰-፴ ።	8 እግዚኣብሔር ነቶም ዓሠርቱ ቃላት ብኢዱ ዝጸሓፈሎም ክልተ ጽላት ኣብ ደብረ ሲና ሃበ። ካብኺ ውን እግዚኣብሔር ቅዱስ ጽላት ፈጠረ። እዚ ኸኣ ሥጋኡ እዩ። ዘፀአ 34፥28-30።
፱ እምደብረ ሲና ወፅአ እሳት ወጽልመት ወእምኔኪ ወፅአ ለነ አምላክ ወሰብእ።	9 ካብ ደብረ ሲና ሓዉን ጸልማትን ወጸ። ካብኺ ኸኣ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ተረኽበልና።
፲ እምደብረ ሲና ወፅአ ድንጋጼ ወሀውከ ላዕለ አይሁድ ወእምኔኪ ወፅአ ሁከት ወድንጋፄ ዓቢይ ላዕለ አይሁድ ወሄሮ ድስ ወዲያብሎስ ምስለ አጋንንቲሁ ። ዘፀአ ፳፥፲፰። ዕብ ፲፪፥፲፱ ።	10 ኣብ ደብረ ሲና ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ፍርሕን ርዓድን ተገብረ። ብኣኺ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድን ሄሮድስን ዲያብሎስን ሠራዊቱን ስንባደ ተገብረ። ዘፀአ 20፥18። ዕብ 12፥19።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፲፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ማሪ ኤፍሬም በውስተ ድርሳኑ በእንተ ትርጓሜ ምሳሌ ዘዕንቁ ባሕርይ ።	11 እዚ ቅዱስ ኤፍሬም ምሳሌ ዕንቁ ባሕርይ ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፲፪ ነሥአ ትስብእተ ከመ ይኩን በዘኢኮነ ቦቱ ወይኩን ከመ ሰብእ በውስተ ሰብእ።	12 ኣብቲ ዘይነበረሉ ባህርይ ኸርከበ፥ ብባህርይ ሰብ ውን ሥራሕ ሰብነት ንክሠርሕ ነፍስን ሥጋን ተዋሓደ።
፲፫ እብል ዘንተ ለመርቅያን ዘመሀረ ለእሊአሁ ስሕተተ ወካዕበ እብል ዘንተ ለማኒ ዘይትአመን ዘየአኪ እምነ መርቅያን።	13 ነቶም ወገናቱ ክሕደት ንዝመሃረ መርቅያን ነዚ እዛረብ ኣሎኹ። ከምኡ ውን ካብ መርቅያን ዝገደደ ክሕደት ንዝኣምን ንማኒ እዚ እዛረብ ኣሎኹ።

ዘኤፍሬም ም. ፶፯	ዘኤፍሬም ም. 47
፲፬ ወናሁ ዕንቁ ባሕርይ ንቡር ለነ የአምርዎ ዓላውያን እምአይቱ ውእቱ ወእፎ ኮነ ወበአይ አምሳል ክዋኔሁ።	14 እንሆ ዕንቁ ባሕርይ ኣሎና። እቶም ዓላውያን ውን ካበይ ከምዝተረክበን ከመይ ከምዝኾነን ምርካቡ ውን ብምንታይ ኣምሳልን ብምንታይ ኣካልን ከምዝኾነ ይፈልጥዎ እዮም።
፲፭ ወንረክብ በዝንቱ መዝገበ አእምሮ ህየንተ ተሳትፎቶሙ ለሰብእ ፍዳ ጽል ሙታን።	15 እቶም ዘይፈልጡ ፍዳ ዝተመልኡ ሰባት ሓደ ስለዝኾኑ በዚ ናይ ዕንቁ ባሕርይ ምሳሌነት ብዙኅ ፍልጠት ንረክብ ኢና።
፲፮ ወባሕቱ ናብሖሙ ይንግሩነ እፎ ልደተ ዕንቁ ባሕርይ ወእሙንቱሰ ያቤይንዎ ከመ ውእቱ አርአያ ባሕቲቱ ወአኮ አካል።	16 እንተኾነ ግና ናይ ዕንቁ ባሕርይ ምርካብ ከመይ ከምዝኾነ ኀኺነግሩና ንፍቅደሎም ንሳቶም ግና ምሳሌ ጥራይ ከምዝኾነን ኣካላዊ ከምዘይኮነን ይዛረቡ ።
፲፯ አንሰ አአምር ዘይብሉ ወዳእሙ ስእለተ እሴአሎሙ ይቤሉ እስመ ዘተወልደ ዘእንበለ ትድምርተ ሥጋ ወዘርእ ኢይደሉ ይኩን ሰብአ ሶበሰ ኮነ ከመ አዳም እምኮነ ሎቱ አካለ ሰብእ ወዳእሙ ተወልደ እምድንግል ዘእንበለ ትድምርተ ብእሲ ወትስብእትሰ ዘነሥአ አርአያ ወአምሳል ወምትሐት ውእቱ።	17 ኣነ ኑቲ ዝዛረብዎ እፈልጦ እየ። ግና ሕቶ ክሓቶም እየ። ብዘይ ምርካብ ብዘይ ዘርኢ ዝተወልደ ሰብ ክሸውን ኣይክእልን እዩ። ከም ሰብ እንተ ዝነብርስ ንሰብ ዘለዎ ኣካል ምነበሮ። ግና ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ካብ ድንግል ጥራይ ተወልደ። እቲ ዝወሰዶ ባህርይ ውን ኣርኣያ፣ ምሳሌ፣ ምትሓት እዩ በለ።
፲፰ ወአንሰ አረምም እምኔክሙ ዐላውያን እስመ ብየ ዘያወሥአክሙ ህየንቴየ አነ አረምም ወዕንቁ ባሕርይ ይትናገር።	18 ኣብ ክንዳይ ኮይኑ ዝምልሰልኩም ኣሎኒ እሞ ኦ መናፍቓን፣ ኣነ ምሳኻትኩም ካብ ምዝራብ እኽልከል ኣሎኹ። ኣነ ካብ ምዝራብ ስቅ እብል፣ ዕንቁ ባሕርይ ግና ይዛረብ።
፲፱ ተናገር ይእዜ ዕንቁ ባሕርይ ወበል እፎ ልደትከ ንብብ ዕንቁ ባሕርይ ወክሥት እፎ ውእቱ ህላዌከ ወአስተነፍሮሙ ለዐላውያን በህላዌከ ኀዲገከ ምትሐተ ከንቶ።	19 ዕንቁ ባሕርይ ልደትካ ከመይ ከምዝኾነ ሕጂ ተዛረብ። ዕንቁ ባሕርይ ባህሪኻ ከመይ ከምዝኾነ ገሊጽካ ኣረድእ። ነዚ ናይ ሓሶት ምትሓት ምኺን ገዲፍካ፣ ነዞም መናፍቓን ብባህሪኻ ኣኅፍሮም።
፳ ይትናገር ሰደፍ ዘውእቱ አስከሬነ ዕንቁ ባሕርይ በእንተ ልደቱ ለዕንቁ ባሕርይ ወይበል ዘከመ እፎ ይፀንሶ ሰደፍ ለዕንቁ ባሕርይ ዘይጸቢ ውስተ ማይ ወይኩን መምህረ ለሰብአ።	20 መርከቢ ዕንቁ ባህርይ ዝኾነ ሰደፍ ብዛዕባ ምርካብ ዕንቁ ባህርይ ይዛረብ። ኑቲ ኣብ ውሽጢ ማይ ዝሕምብስ ዕንቁ ባሕርይ፣ ሰደፍ ከመይ ገይሩ ከምዝዐንሶ ይዛረብ። ንሰብ ውን መምህር ይኹን።
፳፩ ወእምነ እለ አልቦሙ ንባብ ወኢነፍስት ይትገሠፁ እንከ እላ ይጸብቱ ውስተ ህላዌያት ሰማያውያት ወይነሥኡ ሕገ እምእለ ኢነሥኡ ሕገ ወኢኀሠሡ ሥርዓተ ወኢምክረ እምሊቃውንት።	21 እቶም ኣብ ውሽጢ ሰማያውያን ነገራት ኣትዮም ዝሕምብሱ ሰባት፣ በቶም ፍልጠት ምዝራብ (ዘረባ፣ነፍሲ) ዘይብሎም ሰደፍ ዕንቁ ባሕርይ ይገሠፁ። ካብቶም ሕጊ ዘይተሠርዓሎምን ሥርዓትን ምኽርን ሊቃውንቲ ዘይተማህሩን ካብ ሰደፍ ካብ ዕንቁ ባሕርይ ሕጊ ይመሃሩ።

ዘኤፍሬም ም. ፶፯	ዘኤፍሬም ም. 47
፷፪ ወካዕበ አነ ኢይትዔገሥ እምጽርፈተ ዐላውያን እለ ይትጎሠሡነ በነገር በእንተ ጎይለ እግዚአብሔር ወየሕትቱ በእንተ ጥንተ መለኮቱ ዘኢይትረከብ።	22 ንጸርፈ ናይቶም ብዛዕባ ከሃልነት እግዚአብሔር ብነገር ዝከራኸሩና፡ ነቲ ዘይምርመር ናይ ባህሪኡ ምርካብ ውን ካብ ዝምርምሩ ዓላውያን ኣነ ኣይዕገሥን እየ።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፷፫ ወካዕበ ይቤ እስመ ለሊሆሙ ይትቃወሙ ከመ ያእምሩ ብርሃነ አስተርእዮቱ ወአምሳሊሁ ለዘኢ ይትረከብ ወኢይትነገር ወከመ ይኰንንዎ ለመኰንን ወለሊሆሙ ኮኑናን ወኢያአምሩ ዘያወሥኡ በእንተ ነፍሳቲሆሙ።	23 ከምኡ ውን ከምዚ በለ፡- ንሳቶም ነቲ ምሥጢር ምግላጹን፡ ነቲ ዘይምርመርን ዘይንገርን ናቱ ነገር ኽኽፈልጡን ነቲ ዝፈርድ ውን ኽኽፈርድሉ ይከራኸሩ ኣለዉ። ንሳቶም ንርእሶም ዝተፈርዱ እዮም። ብዛዕባ ርእሶም ውን ዝምልስዎ ነገር ኣይፈልጡን እዮም።
፷፬ ሶበሰ ረከብዎ ለዘኢይትረከብ ወጠየቅዎ ለእግዚአብሔር ልዑል እምኢኮነ እንከ ልዑለ ወባሕቱ እምኮነ ከመ አሐዱ እምኔነ። መዝ ፻፲፫(፻፲፬)፡፫-፮። ፻፵፱(፻፵፰)፡፩-፬።	24 እምበኣር ነቲ ዘይምርመር እንተ ዝምርምርዎ፡ ነቲ ረቂቕ እግዚኣብሔር ውን ተረዲኦምዎ እንተዝነብሩስ ረቂቕ ኣይምኾነን ነይሩ። ካባና ከም ሓደ ምኾነ ነይሩ ደኣ እምበር። መዝ 113(112)፡3-7 ። 139(138)፡1-7 ።
፷፭ ወሶበሂ ነጸርዎ ለእግዚአብሔር ወአእመርዎ ለዘኢይትአመር አእምሮቶሙሰ ይከውን አልዕሎ ላዕለ ኃይለ እግዚአብሔር በከመ ይቤ ጳውሎስ። መዝ ፻፱(፻፰)፡፲፩። ኢዮ ፭፡፲፪። ፩ቆሮ ፩፡፲፱፡፳፫። ፫፡፲፰-፳፩።	25 ንእግዚኣብሔር ርእዮምዎ እንተዝኾኑ፡ ነቲ ዘይምርመር ውን መርሚሮም በጺሖምዎ እንተዝኾኑስ ፍልጠቶም ልዕሊ ባህርይ እግዚኣብሔር ምኾነ ነይሩ፡ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ። መዝ 94(93)፡11። ኢዮ 5፡12። 1ይ ቆሮ 1፡19-23። 3፡18-21።
፷፮ አንሰ እብል ይእዜ መሥፈርተ ዘይደሉ በከመ ይትከሠት ህላዌሁ ወእሌቡ አምሳለ በአምሳሊሁ ወኢያቤይን ኃይለ ክዋኔሁ ለዕንቈ ባሕርይ።	26 ሕጂ ኣነ ባህርዩ ምእንቲ ኽግለጽ እቲ ዝግባእ ክዛረብ እየ። ብናይ ምሳሌኡ ምሳሌ ውን ክምህር እየ። ናይ ዕንቁ ባሕርይ ናይ ምርካብ ኃይሊ ኣይልውጥን እየ።
፷፯ ወውእቱ ዕብን ይወፅእ እምሥጋ ዘይከውን በውስተ ሰደፍ አው በውስተ ማኅደር ወመኑ ዘኢየአምን እንከ ከመ እግዚአብሔር ቃል ተወልደ በሥጋ ሰብእ እንበለ ትድምርት።	27 እቲ እምኒ ዕንቊ ኣብ ሰደፍ ወይ ኣብ ውሽጢ ማኅደር ካብ ዘሎ ሥጋ ይወጽእ። ከምዚ ካብ ኮነ፡ እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ዘርኢ ብሥጋ ሰብ ከም ዝተወልደ ዘይኣምን መን እዩ፡
፷፰ ወዝኩሂ ዕንቈ ባሕርይ አኮ በተራክቦ ዘይፀነስ ወይትወለድ ወባሕቱ ውእቱ እምተዋሕዶ መብረቅ ወማይ ከማሁመ	28 ካብ ምውሕሓድ ብርሃንን ማይን እዩ እምበር እቲ ዕንቈ ባሕርይ ብዘርኢ ብሩካቤ ዝርከብ ኣይኮነን።

ዘኤፍሬም ም. ፵፯	ዘኤፍሬም ም. 47
ዓዲ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተፀንሰ በሥጋ እንበለ ትድምርት ወኮነ ፩ደ ወበመንፈስ ቅዱስ ተፀንሶቱ ለእግዚአብሔር ቃል እምሥጋነ።	ከምኡ ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዕንቁ ባሕርይ ብዘይ ዘርኢ ተፀንሰ፡ ሓደ ኮነ። እግዚአብሔር ቃል ከኣ ብናትና ሥጋ ምዕናሱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ።
፳፱ ዕንቁ ባሕርይሂ ኢይወልድ ሰደፈ ወኢይወጽእ ዓዲ በአምሳለ መንፈስ ከማሁመ እግዚእነ ክርስቶስ ኮነ ፩ደ ምስለ መለኮቱ ወአኮ ውእቱ ብእሲ ሕፁፀ።	29 ዕንቁ ባሕርይ ንሰደፍ ከም ዝርከብ ኣይገብሮን እዩ። ምትሐት ኮይኑ ውን ኣይርከብን።ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ከምኡ እዩ፡ ብባህሪኡ ዝጸንዐ ሓደ እዩ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፴ ወካዕበ በውስተ ዝንቱ ድርሳኑ ለሊሁ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተወልደ እምአብ ወካዕበ ተወልደ እምቅድስት ድንግል።	30 ከምኡ ድማ ኣብዚ ዐንቀጽዚ ከምዚ በለ፡- ንሱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ዓለም ካብ አብ ተወልደ፡ ዳግማይ ከኣ ካብ ቅድስት ድንግል ተወልደ።
፴፩ አኮ ፩ዱ አርአያሁ ለዝንቱ ዕብን ዘዘከርናሁ አላ ቦቱ ካልእ ዘቅድም ከማሁ ዓዲ ወልደ እግዚአብሔር ተወልደ በአካል ወአኮ እንበለ አካል በአምሳለ ዕንቁ ባሕርይ ዘብዙኅ ሜጡ ዘይትወሐድ እምክልኤቱ ህላዌያት ከመ ያጠይቅ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ወተወልደ በከዊነ ሰብእ እማርያም እምቅድስት ድንግል።	31 እዚ ዝበልናዮ ናይ ዕንቁ ባህርይ ምርካብ ሓደ ወገን ኣይኮነን፡ ካብ ብርሃን ምርካብ ውን ኣለዎ ኸኣ እምበር። ከምኡ ውን ወዲ እግዚኣብሔር ካብ ክልተ ባህርያት ከምዝተረኽበ፡ ከምቲ ዋጋኡ ብዙኅ ዝኾነ ዕንቁ ባህርይ ብኣካላዊ ተወልደ፡ ኣካል ዘይብሉ ኣይኮነን። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ንከረድእ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ኮይኑ ተወልደ።
፴፪ ወኢተዋሐደ በመንፈቀ ህላዌ ወኢኮነ ካልአ እንስሳ በአንትኅ አላ ምሉእ ወፍጹም በ፩ዱ ህላዌ ይገብር ዘ፪ቱ ህላዌያት ወእመ አኮሰ እምተርፈ ፩ዱ ባሕቲቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬ ።	32 ነቲ ባህሪኡ ከፊሉ ኣይተዋሓደን። ነቲ ባህሪኡ ኣጕዲሉ ካልእ እንስሳ ኣይኮነን። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ደኣ ምሉእ ፍጹም እዩ እምበር። ሥራሕ ኣምላኽነትን ሥራሕ ሰብነትን ውን ይሠርሕ፡ ከምዚ እንተ ዘይከውንሲ እቲ ሓደ ተፈልዩ ምተረፈ ነይሩ። ዮሓ 1፡1-14።
፴፫ እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር አስተርአየ በዲበ ምድር ወከመ ኢይትርፍ ካልእ ባሕቲቱ እንዘ ውእቱ ሰብአ ዐርገ ውስተ ሰማያት ወዳእሙ ፍጹም ዘእምፍጹም ኮነ ሰብአ እምሰብእ ዘውእቱ እምቅድስት ድንግል እንዘ ውእቱ አምላክ ዘእምአምላክ።	33 ኣምላኽ ከሎ ብሥጋ ኣብ ምድሪ ተገልጸ። እቲ ካልእ ተፈልዩ ምእንቲ ከይተርፍ ሰብ ከሎ ናብ ሰማይ ዓረገ። ካብ ፍጹም ኣምላኽ ዝተረኽበ ፍጹም ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ ካብ ሰብ ተወልደ፡ እዚ ከኣ ካብ ፍጹም ኣምላኽ ዝተረኽበ ፍጹም ኣምላኽ ከሎ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ እዩ።

፴፬ ወኢተፈልጠ ሥጋ እምነ መለኮት ወኢያፍለሰ ህላዌ እጓለ እመሕያው ህላዌሁ ለመለኮት ወኢተነየሎ ሶበ ተዋሐደ ምስሌሁ ከመ ይኅድግ ዘዚአሁ ወይትረከብ በዘኢኮነ ቦቱ ወባሕቱ ፍጹም ውእቱ በዘዚአሁ ወዓዲመ ፍጹም ውእቱ በዘነሥአ እንበለ ፍልጠት ወኢቱስሕት።

34 ሥጋ ውን ካብ መለኮት ኣይተፈልየን፡ ባህርየ መለኮት ውን ንባህርየ ሥጋ ኣይለወጠን። ምስኡ ምስ ተዋሓደ ነቲ ባህሪኡ ኀኽኃድግን፡ ኣብ ዘይነበረሉ ኵነታት ኀኽርከብን ኣየበራትያን። ከመይ ብናቱ ባህርይ ፍጹም እዩ እምበር። ብዘይምፍላይን ምትሕውዋስን ቡቲ ዝተዋሓዶ ባህርይ ውን ፍጹም እዩ እምበር።

፴፭ ንሱስ ሥጋ ዝተዋሓደ ኣምላኽ እዩ እምበር ኣብ ሥጋ ዝኃደረ ሥጋ ኣይኮነን።

35 ንሱስ ሥጋ ዝተዋሓደ ኣምላኽ እዩ እምበር ኣብ ሥጋ ዝኃደረ ሥጋ ኣይኮነን።

፴፮ ወአኮ ውእቱ ሥጋ ዘተላፀቀ በሥጋ አላ ውእቱ አምላክ ዘተዋሐደ ምስለ ሰብእ።

36 ወይንን ማይን ምስ ተሓዋወሱ ባህሪኦም ይልወጥ። ወይንን ወርቅን ምስተዋሓዱ ግና ነፍሲ ወከፍ በቲ ባህሪኡ ይጸንዕ።

፴፯ እስመ ሶበ ይደመሩ ማይ ወወይን ይማስን ህላዌሆሙ ወይንሰ ወወርቅ ሶበ ይደመሩ በበይናቲሆሙ ይጸንዕ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ በዘዚአሁ ህላዌ።

37 ከምቲ መሶበ ወርቅ ነቲ ማና ካብ ምልዋጥ ዝሕልዎ፡ እግዚኣብሔር ውን ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ብገዛእ ባህሪኡ ኣጽንዖ። ከምቲ ኣብ ውሽጢ ደብተራ ኦሪት ዘሎ መሶበ ወርቅ፡ እግዚኣብሔር ቃል ከኣ ኣብቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ንባህሪኡ ሠወረ። እቲ ውሽጣዊ ደጋዊ ይኸውን፡ እቲ ደጋዊ ድማ ውሽጣዊ ይኸውን።

፴፰ እግዚአብሔርሂ ዐቀቦ ለዘነሥአ በዘዚአሁ ህላዌ ከመ መሶበ ወርቅ ዘየዐቅቦ ለመና ወእግዚአብሔር ቃል ተነብአ በዘነሥአ ከመ መሶበ ወርቅ ዘውስተ ታቦት ዘውሥጥ ይከውን አፍአዊ ወዘአፍአ ይከውን ውሣጣየ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፵፰ ክፍል ፩

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 48 ክፍሊ 1

፩ ይቤ ቅዱስ ኤራቅሊስ ኤጲስ ቆጶስ ዓቢይ ዘኪስኪስ ዘአፍለስዎ ጎበ መንበረ ቍስጥንጥንያ እምድኅረ ተመትረ ንስጥሮስ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ልደቱ ለመድኃኒነ ክርስቶስ።

1 ድኅሪ ንስጥሮስ ምስዓሩ፡ ናብ መንበረ ቍስጥንጥንያ ዘሳገርዎ ዓቢይ ናይ ኪስኪስ ኤጲስቆጶስ ኤራቅሊስ፡ ብዛዕባ መድኃኒና ክርስቶስ ብሥጋ ዝተወልዶ ነገረ ልደቱ ኣብ ዝተዛረበሉ ዐንቀጽ ከምዚ በለ።

፪ እንዘ ውእቱ ውስተ ሕፅነ አቡሁ ተፀውረ በከርሠ ድንግል ወተወልደ እምኔሃ እንዘ ሀሎ ውስተ ሕፅነ እሙ ያንሶሱ በክነፈ ነፋስ ወይሰግዱ ሎቱ መላእክት። መዝ ፲፯(፲፰)፡፱-፲፩ ።

2 ንሱ ማዕረ ኣብ ከሎ ኣብ ማኅፀን ድንግል ተወሰነ። ካብኣ ውን ተወልደ። ኣብ ሕቀፉ ኣዲኡ ከሎ ብክንፊ ንፋስ ይመላለስ ነበረ። መላእኽቲ ውን ይሰግድሉ ነበሩ። መዝ 18(17)፡ 9-11።

፫ እንዘ ይነብር ምስለ መጸብሐን ኢይክሉ ሱራፌል የሐውጽዎ እንዘ ይሴአሎ ጲላጦስ ወይፀፍየ መልታሕቶ ገብረ ሊቀ ካህናት ኮሉ ፍጥረት

3 ምስ ኃጥኣን ተገውቲ ከሎ ሱራፌል ክምርምርዎ ኣይከኣሉን። ጲላጦስ ክሓቶን እቲ ኣገልጋሊ ሊቀ ካህናት ገጹ ክጸፍዖን ከሎ፡ ኮሉ ፍጥረት ካብኡ ዝተላዕለ

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
ይርዕዱ እምኔሁ። ማቴ ፱፡፲። ዮሐ ፲፰፡፳፪-፴፫ ።	ይፈርሁን የንቀጥቅጡን ነበሩ። ማቴ 9፡10። ዮሐ 18፡22።
፬ እንዘ ይትቄጸል አክሊለ ሦክ አብጠለ ኮነኔሁ ለቀኖተ ሞት ወእንዘ ቅንው ዲበ ዕፀ መስቀል ኢተዐርቀ እምነ መንበሩ ወኢተፈልጠ እምነ አቡሁ ወእምነ መንፈስ ቅዱስ እንዘ ይዘነጕግዎ በታሕቱ ከመ ዐማፂ ወበላዕሉ ይነብቡ ስብሐቲሁ ቅዱስ። ዮሐ ፲፱፡፩-፳፫። ሉቃ ፪፡፲፫-፲፭።	4 ኣኽሊለ እሾኽ ደፊኡ ንናይ ሞት ሥልጣን ፍርዲ ኣጥፍኡ። ኣብ ልዕሊ መስቀል ተሸንኪሩ ከሎ ካብ ዙፋኑ ኣይተፈልየን፡ ካብ ናይ ባህርይ አቦኡ እብን ካብ ናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስን ኣይተፈልየን። ኣብ ምድሪ ከም በደለኛ ክላገጽሉ ከለዉ፡ ኣብ ሰማይ ግና ነቲ ክቡር ጐይትነቱ ይዛረቡ ነበሩ። ዮሓ 19፡1-23። ሉቃ 2፡13-15።
፭ ዘሰፍሑ ለሰማይ ከመ ቀመር ተወድየ ውስተ መቃብር ወተኰለቈ ምስለ ምውታን ወበሞቱ ዜወዋ ለሲኦል ። ማቴ ፳፯፡፶፭-፷።መዝ ፹፰(፹፯)፡፫-፯።	5 ነቲ ንሰማይ ከም ድንኳን ዝዘርግሑ ሣልስቲ ኣብ መቓብር ኃደረ። ምስ ምውታን ተቈጽረ፡ ብሞቱ ውን ንሲኦል ማረኻ። ማቴ 29፡57-60። መዝ 88(87) ፡3-7።
፮ ከመዝ ንትአመን ንሕነ ኦርቶዶክሳውያን ወኢንብሎ ክልኤ ለ፩ዱ ዘኢይትዌለጥ ወኢይትፈለጥ ወኢ፪ኤ አጋእዝተ ወኢ፪ኤ ኦርኦያ ወኢ፪ኤ አካለ ወኢ፪ኤ ግብረ ወኢ፪ኤ ህላዌ አላ በከመ እቤ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ።	6 ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ከምዚ ኢና እንኣምን። ነቲ ምፍላይ ኮነ ምልዋጥ ዘይብሉ ሓደ፡ ክልተ ኣይንብልን። ክልተ ጐይታ፡ ክልተ መልክዕ፡ ክልተ ኣካል፡ ክልተ ግብሪ፡ ክልተ ባህርይ እዩ ኣይንብልን። ከም ዝበልክዎ እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ደኣ እምበር።
፯ ንሰብክ ዘንተ ገሀደ ወንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ ወእመቦ ዘኢየአምን ከመዝ ውጉዘ ለይኩን።	7 ነዚ ገሊጽና ንሰብኽ። ንቃል ምስ ሥጋ ሓደ ጌርና ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ። ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ዝተወግዘ ዝተፈልየ ይኹን።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፰ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ቶማስ።	8 ደጊሙ ድማ ብዛዕባ ቶማስ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፱ አንተ እግዚእየ ወአምላኪየ አንተ እምቅድመ ዓለም ወአንተ ዘይእዜ አንተ ሰማያዊ ወአንተ ምድራዊ ። ዮሐ ፳፡፳፰-፴ ።	9 ጐይታይ ፈጣርየይ ንሸኻ ኢኻ።ቅድመ ዓለም ዝነበርካ ንሸኻ ኢኻ፡ ሎሚ ውን ዘሎኻ ንሸኻ ኢኻ። ሰማያዊ ንሸኻ ኢኻ፡ ምድራዊ ውን ንሸኻ ኢኻ። ዮሓ 20፡24-30።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፲ ወካዕበ ይቤ እምድኅረ ኀዳጥ።	10 ደጊሙ ውን ቀሩብ ጎልፍ ኢሉ ከምዚ በለ።
፲፩ አንተ በአብ በውስተ ሰማይ ወአንተ ስቁል ዲበ ዕፀ መስቀል በእንቲኣነ	11 ኣብ ሰማይ ብኣብ ህልው ዝኾንካ ንሸኻ ኢኻ፡ ምእንታንና ውን ኣብ መስቀል

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
አንተ ንቡር ዲበ መንበረ መንግሥት እምቅድመ ዓለም ወዓዲመ አንተ ቅንው ዲበ ዕፀ መስቀል።	ዝተሰቐልካ ንሰኻ ኢኻ። ካብ ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ጀሚሩ ኣብ ዙፋን ጐይትነትካ ዘለኻ ንሰኻ ኢኻ፡ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ መስቀል ዝተሸንኮርካ ውን ንሰኻ ኢኻ።
፲፪ አንተ ዘኢተሐምም በመለኮት ወአንተ ሐማሚ በሥጋ አንተ ዘኢትመውት ዘከመ ዕሪናከ ምስሌነ። ዮሐ ፲፡፲፩-፴።	12 ብመለኮት ሕማም ሞት ዘይብልካ ንሰኻ ኢኻ፡ ብሥጋ መከራ ዝተቐበልካ ንሰኻ ኢኻ። ምስ እብ ሓደ ብምኻንካ ዘይትመ ውት ንሰኻ ኢኻ፡ ምሳና ውን ሓደ ብምኻንካ ብፍቓድካ ዝሞትካ ንሰኻ ኢኻ። ዮሓ 10፡14-30።
፲፫ አንተ ውስተ መቃብር ወአንተ ንቡር ዲበ ኪሩቤል አንተ ውስተ ሙታን ወበእንቲአከ ተውህበ ሕይወት ወአንተ ውስተ ምውታን ወአንተ ዘትሁብ ግእዛነ ለምውታን አንተ ዘኮንከ ሠሉሰ መዋዕለ ምውተ ወአንተ ህልው ምስለ አብ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ በኵሉ አዝማን አንተ እግዚአብሔር ቃል ዘበአማን ዘሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት ።	13 ኣብ መቓብር ዝኃደርካ ንሰኻ ኢኻ፡ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዘለኻ ውን ንሰኻ ኢኻ። ምስ ምውታን ኣብ መቓብር ዝነበርካ ንሰኻ ኢኻ፡ ብናትካ ሕማምን ሞትን ውን ድኅነት ተዋህበ። ምስ ምውታን ዝተቈጽርካ ንሰኻ ኢኻ፡ ንምዉታን ትንሣኤ እትህብ ውን ንሰኻ ኢኻ። ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኣብ መቓብር ዝኃደርካ ንሰኻ ኢኻ፡ ብኵሉ ጊዜ ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን እትነብር ንሰኻ ኢኻ። ብመለኮት ዘይትሐምም ከለኻ ብሥጋ ዝሓመምካ ኣካላዊ ቃል እግዚአብሔር ንሰኻ ኢኻ።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፲፬ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትስብእቱ ለእግዚአብሔር ቃል።	14 ዳግማይ ውን ብዛዕባ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፲፭ ኦ ከርሥ ዘተጽሕፈ ውስቴታ መጽሐፈ ግእዛን እምግብርናት ለኵሉ ሰብእ ኦ ከርሥ ዘተፀውረ ውስቴታ ንዋየ ሐቅል ዘይትቃወሞ ለሞት በእንቲአነ። ኢሳ ፷፱፡፲፩። ፪ቆሮ ፩፡፲፪። ፲፡፫-፯።	15 ንኵሉ ሰብ ካብ መግዛእቲ፡ ናይ ናፅነት መጽሓፍ ዝተጻሕፈላ ማኅፀን ከመይ ዝበለት እያ፡ እቲ ምእንታና ንሞት ዝቃወም መሣርያ በረኻ ዝተያረላ ማኅፀን ከመይ ዝበለት እያ፡ ኢሳ 29፡11። 2ይ ቆሮ 1፡12። 10፡3-7።
፲፮ ኦ ገራህት ዘሠረፀ ለነ እምኔሃ ዘርአ ህላዌ ዘእንበለ ዘርእ። ዘፍ ፩፡፲፩። ዘዳግ ፴፪፡፪ ።	16 ናይ ባህርይ ዘርኢ ብዘይ ዘርኢ ካብኣ ዝተረኽበልና ግራት ከመይ ዝበለት እያ፡ ዘፍጥ 1፡11። ዘዳግ 32፡2።
፲፯ ኦ መቅደስ ዘኮነ ባቲ እግዚአብሔር ካህነ ወኢፈለሰ እምህላዊሁ አላ በሣህሉ ለብሰ ክህነተ በከመ ሚመቱ ለመልከ ጼዴቅ። ዘፍ ፲፬፡፲፰። መዝ ፻፲(፻፱)፡፬። ዕብ ፯፡፩-፳፰።	17 እግዚአብሔር ዘገልገለላ መቕደስ ከመይ ዝበለት እያ፡ ከም ክህነት መልከ ጼዴቅ ዝበለ ደኣ ናቱ ገበረ እምበር ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ዘፍጥ 14፡18። መዝ 110 (109)፡4። ዕብ 7፡1-28።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፲፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኪስኪስ በውስተ ድርሳኑ።	18 ዳግማይ ውን እዚ ናይ ኪስኪስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤራቅሊስ ኣብ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፲፱ ውእቱ አሐዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘበአማን አምላክ ወሰብእ ጎቡረ ወአኮ ፍሉጥ ጎበ ክልኤቱ ህላዌ አላ አስተርአየ በአርአያ ገብር።	19 ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ናይ ባህርይ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ። ናብ ክልተ ዝተኸፍለ ኣይኮነን፡ ብባህርይ ሰብ ተገልጸ ደኣ እምበር።
፳ ወተዐውቀ ከመ ውእቱ አምላክ እንዘ ይገብር ግብረ ዘመለኮት እስመ ውእቱ አምላክ በህላዌሁ ወኢያርጎቆ እምኔሁ ሶበ ተሰብአ።	20 ሥራሕ ኣምላኽነት ሠሪሑ ኣምላኽ ከምዝኾነ ተፈልጠ። ናይ ባህርይ ኣምላኽ ብምኻኑ፡ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን።
፳፩ ኮነ ሥጋ አሐደ ምስሌሁ በአካል ዘእምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ሥጋ አምላካዊ እምትዝምደ ዚአነ ወእንዘ ውእቱ እመንፈስ ቅዱስ ቦቱ ነፍስተ ሥጋ ነባቢት።	21 ካብ ወላዲት ኣምላኽ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝወሰዶ ኣካለ ሥጋ ምስኡ ሓደ ኮነ። ካብ ባህርይና ተረኺቡ ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ሕይወቱ ክኸውን ከሎ እትዛረብ ናይ ሥጋ ሕይወት ነፍሲ ኣለዎ።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፳፪ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ በውስተ መልእክቱ ጎበ አርማንያ።	22 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ኤራቅሊስ ንሰብ ኣርማንያ ጽሒፉ ኣብ ዝሰደዶ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፳፫ ኮነ ቃለ እግዚአብሔር ሰብአ ዘበአማን ወኢጎደገ እምኔሁ ህላዌሁ አላ እንዘ አምላክ ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	23 ቃል እግዚኣብሔር ብሓቂ ሰብ ኮነ። ሰብ ብምኻኑ ባህሪኡ ኣይለወጠን። ኣምላኽ ከሎ ብዘይምልዋጥ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ዮሓ 1፡1-14።
፳፬ ወአሥለጠ ዕዳ ዘኮነ ላዕለ ደቂቀ እጓለ እመሕያው ወቤዘዎሙ በርእሱ ወሞተ በእንቲአሆሙ ከመ ሰብእ ወተንሥአ ወአጎንሎ ለዘቦቱ እዘዘ ሞት ዘውእቱ ዲያብሎስ። ቈላ ፪፡፲፫-፲፮። ዕብ ፪፡፭-፲፭ ።	24 ኣብ ኵሎም ደቂ ኣዳም ዝነበረ ዕዳ ከፈለ፡ ብርእሱ ውን ተበጀዎም። ሰብ ብምኻኑ ውን ምእንታኦም ሞተ። ነቲ ሥልጣን ሞት ዝነበሮ ዲያብሎስ ስዒሩ ኸኣ ተንሥኣ። ቈላ 2፡13-16። ዕብ 2፡5-15።
፳፭ ዝንቱ ግብር ይትሌዐል እምኵሉ ንባብ ንትወከፎ በሃይማኖት ወኢንሕትት በእንቲአሁ በተቃውሞ። መዝ ፻፴፱(፻፴፰)፡፮። ኢዮ ፵፡፩-፬።	25 እዚ ሥራሕ እዚ ልዕሊ ኵሉ ዘረባ እዩ። ብእምነት ደኣ ንቀበሎ እምበር ናቱ ነገር ብተቃውሞ ኣይንመርምር። መዝ 139(138)፡6። ኢዮ 40፡1-4።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
ክፍሊ ፯	**ክፍሊ 7**
፳፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኪስኪስ ዘፈለሰ ጎበ ቀኵስጥንጥንያ።	26 ከምኡ ውን እዚ ናብ ቀኵስጥንጥንያ ዝሰገረ ናይ ኪስኪስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤራቅሊስ ከምዚ በለ።
፳፯ ወበከመ ኢይደሉ ይትፈለጥ ፩ዱ ጎበ ከዊነ ፪ቱ ወፍሉጥሂ ጎበ ፪ቱ ኢይትበሀል ፩ደ አላ ፪ቱ ከመዝ እግዚእነሂ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ወኢይትከፈል እንከ ጎበ ፪ቱ።፩ቀሮ ፲፡፮። ፪ቀሮ ፭፡፲፬። ዮሐ ፩፡፲፲።	27 እቲ ሓደ ናብ ክልተ ክኽፈል ከምዘይክእል፡ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ውን ክልተ ደኣ ይበሃል እምበር ሓደ ክበሃል ከምዘይክእል፡ ከምኡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ሓደ እዩ ናብ ክልተ ኣይክፈልን እዩ። 1ይ ቆሮ 8፡6። 2ይ ቆሮ 5፡14። ዮሓ 1፡18።
ክፍል ፰	**ክፍሊ 8**
፳፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ብሥራቱ ለገብርኤል መልአክ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ንጽሕት።	28 ብዛዕባ ብሥራት ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ንእመቤትና ቅድስት ድንግል ንጽሕት ማርያም ኣብ ዝተዛረቦ ዐንቀጽ እዚ ቅዱስ ኤራቅሊስ ደጊሙ ከምዚ በለ።
፳፱ ናእምር እንከ ዘንሔሊ በእንተ ብፁዓዊ ዮሴፍ ቅዱስ ወምእመን እስመ ውእቱ ኢያእመረ ምሥጢረ ዘይትፈጸም በእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም።	29 ብዛዕባ እሙን ክቡር ቅዱስ ዮሴፍ እንዛረቦ ንፍለጥ። ከመይ ንሱ ኣብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝፍጸም ምሥጢር ኣይፈለጠን።
፴ ኢያእመረ ምንት ውእቱ ምሥጢር ዘኮነ ሎቱ ላእከ ኢያእመረ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘበእንቲኣሁ ተነበዩ ነቢያት ይትወለድ ዘእንበለ ዘርኣ ብእሲ እምነ ብእሲት ዘተፍጸረት ሎቱ ኢያእመረ ከመ ሕፃን ይወጽእ እምብእሲት ዘእንበለ ምት በከመ ተብህለ በነቢይ። ኢሳ ፯፡፲፬። ፱፡፮-፯። ዮሐ ፩፡፵፮።	30 ነቲ ኣገልጋሊ ዝኾነሉ ምሥጢር እንታይ ከምዝኾነ ኣይፈለጠን። ካብታ ንእኡ ዝተሓጽየት ድንግል፡ ከምቲ ነቢያት ብዛዕባኡ ዝተዛረቡሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይ ዘርኢ ከምዝውለድ ኣይፈለጠን። ከምቲ ብነቢይ ዝተባህለ፡ ሕፃን ብዘይ ኣቦ ካብ ድንግል ከም ዝርከብ ኣይፈለጠን። ኢሳ 7፡14።9፡6-7። ዮሓ 1፡46።
፴፩ ኢያእመረ እስመ ዘተፈጥረት እምነ ጽቡር ጽሩይ ትከውን መቅደሶ ለእግዚኣብሔር ኢያእመረ እስመ ዘለዓለም ድንግል ትከውን ። ዘፍ ፱፡፳፯። መኃ ፬፡፲፪ ።	31 ካብ ንጹሕ ዘርኢ ዝተፈጥረት ድንግል መጎደሪ እግዚኣብሔር ከም ትኸውን ኣይፈለጠን። ንዘለዓለም ምልዋጥ ዘይብሉ ዳግማይ ኣዳም ክርስቶስ፡ ድንግልና ካብ ዘለዋ ገኑት እመቤትና ከም ዝርከብ ኣይፈለጠን። ዘፍጥ 9፡27። መኃ 4፡12።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
፵፪ ኢያእመረ ከመ ርእሰ ኵሎሙ ፍጡራን ይትወለድ ዘእንበለ ዘርእ ኢያእመረ ከመ ምድር እስራኤላዊት ትፈሪ ፍሬ ሕይወት ዘእንበለ ዘርእ በከመ ተብህለ በነቢይ ጽጌ አስተርአየ በውስተ ምድርነ ወዓዲ ተብህለ ወምድርኒ ትሁብ ፍሬሃ ። ኢሳ ፵፪፡፩-፪። ዮሐ ፩፡፬። ቄላ ፩፡፲፩-፲፰። መኃ ፪፡፲፪። መዝ ፹፭(፹፬)፡፲፪።	32 ኀቡኦሙ ፍጡራን ዝፈጠረ ክርስቶስ ብዘይ ዘርኢ ከም ዝውለድ ኣይፈለጠን። ከምቲ ብነቢይ ዕንባባ ኣብ ምድርና ተራእዩ ዝተባህለ፡ ከምኡ ውን ምድሪ ፍረ ክትህብ እያ ተባሂሉ ዝተነግረ ምድሪ እስራኤላዊት ብዘይ ዘርኢ ፍሬ ሕይወት ከም ትፈሪ ኣይፈለጠን። ኢሳ 32፡1-2። ዮሓ1፡4። ቄላ 1፡15-18። መኃ 2-12። መዝ 85(84)፡12።
፵፫ መልአ ከርሣ ለድንግል ወተሀውከ ልቡ ለዮሴፍ ሶበ ርእየ ልሕቀተ ከርሣ ለእንተ እንበለ ርኵስ ሐለየ ፍጹመ ምሥጢራ ለንጽሕት ወረከባ ዕንስተ በምሥጢር ዘኢየአምሮ ወወድቀ ውስተ ጽኑዕ መዋግደ ሕሊና ነጸራ እንዘ ዕንስት።	33 ማኅፀነ ድንግል ገፍሐ፡ ዮሴፍ ነታ ብዘይ ዘርኢ ዝፀነሰት ድንግል ንከርሣ ገዚፉ ምስ ርኣየ ብልቡ ኃዘነ። ንምሥጢር ናይዛ ንጽሕት እመቤትና ፈጺሙ መርመረ እሞ ንሱ ብዘይፈልጦ ምሥጢር ፀኒሳ ምስ ረኸባ ኣብ ከቢድ ማዕበል ሓሳብ ወደቐ።
፵፬ ወነፀራ እንዘ ዕንስት ወሐለየ ከመ ይእቲ ኮነት ውስተ ርኵስ እስከ አመ አስተርአየ መልአከ እግዚአብሔር ወይቤሎ ኢትፍራህ ኦ ዮሴፍ እስመ ዘይትወለድ እምኔሃ እመንፈስ ቅዱስ ውእቱ ወአኮ በከመ ትትሔዘብ አንተ።	34 ፀኒሳ ረኸባ። ክሳብ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ መልኣኽ ኦ ዮሴፍ! እቲ ካብኣ ዝውለድ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ፡ ከምቲ ንሸኻ እትጥርጥሮ ኣይኮነን እሞ ኣይትፍራህ ኢሉ ዝነግሮ ብዘርኢ ዝፀነሰት መሰሎ።
፵፭ ወሶበ ሰምዐ ዘንተ ዮሴፍ ሰገደ ለድንግል ወገነየ ለንጽሓ ወአእመረ ከመ ይእቲ ድንግል ዘተነበየ በእንቲአሃ በትንቢት ኢሳይያስ ነቢይ እንዘ ይብል ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፬። ኢሳ ፯፡፩-፲፬ ።	35 ዮሴፍ ድማ ነዚ ነገርዚ ምስ ሰምዐ ንድንግል ሰገደላ ንጽሕናኣ ውን ኣመነ። እቲ ነቢይ ኢሳይያስ፡- “እነሆ ድንግል ክትፀንስ እያ ወዲ ውን ክትወልድ እያ፡ ስሙ ውን ኣማኑኤል ይበሃል ትርጕሙ ድማ እግዚኣብሔር ምስ ባህርይና ሓደ ኮነ ማለት እዩ፡” ክብል ዝተዛረበላ ድንግል ንሳ ከምዝኾነት ፈለጠ። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡26-39። ኢሳ 7፡14።
ክፍል ፱	**ክፍሊ 9**
፵፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ ሊቀ ጳጳሳት ዘቀኖስጥንጥንያ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሃይማኖት።	36 እዚ ናይ ቀኖስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኤራቅሊስ፡ ብዛዕባ ነገረ ሃይማኖት ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፵፯ ዘአልቦቱ ሥጋ ኮነ ሥጋ ዘእንበለ ውላጤ ወዘአልቦቱ ጥንት ልሕቀ	37 ሥጋ ዘይነበሮ ቃል ብዘይምልዋጥ ሥጋ ተዋሓደ ጥንቲ ዘይብሉ ብኵሉ ፍጹም

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰	ዘኤራቅሊስ ም. 48
በበሕቅ በሥጋ እንዘ ፍጹም ውእቱ በኵሉ ።ዮሐ ፩፡፲፬። ሉቃ ፪፡፵።	ክሽውን ከሎ ብሥጋ በብንእሽቶ ዓበየ። ዮሐ 1፡14 ። ሉቃ 2፡40 ።
፵፰ በህላዌሁ ዘኢይቀርቦ ሕማም ተወክፈ ሕማመ ወኢነሥአ ትእምርተ ሕማም በዘህሎ ቦቱ አላ ተወክፈ ሕማም በሥጋ በዘኮነ ቦቱ። ዕብ ፩፡፪-፮። ፪ቆሮ ፲፫፡፬።	38 ብባህሪኡ ሕማም ዘይብሉ ንሱ መከራ ተቐበለ። ሎሚ ቡቲ ሰብ ዝኾነሉ ብሥጋ መከራ ተቐበለ ደኣ እምበር ቡቲ ቅድም ዝነበረሉ ባህሪኡ መከራ ኣይተቐበለን። ዕብ 1፡2-6። 2ይ ቆሮ 13፡4።
ክፍል ፲	ክፍሊ 10
፵፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ ውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትርጓሜ ሃይማኖት ዘ፫፻፲፰ቱወጽቱ እንዘ ይትቃወም ምስለ ንስጥሮስ ዕልው።	39 ደጊሙ ድማ እዚ ቅዱስ ኤራቅሊስ፡ እቶም 318 ሊቃውንቲ ዝበልዎ ጸሎተ ሃይማኖት፡ ናቱ ትርጓሜ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ምስ መናፍቕ ንስጥሮስ ክሽራኸር ከሎ ከምዚ በለ።
፶ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሰብአ ወኢተወለጠ እምህላዌሁ አላ ገብረ ተዋሕዶተ በመንክር ግብር ወዝንቱ ሥርዓት ይትሌዐል ላዕለ ኵሉ እንለ እመሕያው ። ፊልጵ ፪፡፮ ።	40 እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ኮነ፡ ካብ ባህሪኡ ግና ኣይተለወጠን። ብዘይምርመር ሥራሕ ተዋሕዶ ገበረ ደኣ እምበር። እዚ ተዋሕዶ እዚ ብልቢ ኵሉ ሰብ ካብ ምምርማር ዝረሓቐ እዩ። ፊል 4፡7።
፶፩ ወበእንተ ዝንቱ ጳውሎስ ዓቢይ ያበጽሕ ሎቱ ሕማመ እንለ እመሕያዊ እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ወኢይቤ ከመ መለኮት ሐመ አላ በአምሳል ዘተሳተፎ እግዚአብሔር ጌር ለእንለ እመሕያው በሕማም በመንክር ግብር። ሮሜ ፭፡፲። ዕብ ፪፡፲፬። ፬፡፲፬-፲፮ ።	41 ምእንትዚ ኣካላዊ ቃል ናይ ባህርይ ኣምላኽ ክሽውን ከሎ እቲ ዓቢይ ጳውሎስ ውን ንሰብ ዝግባእ ሕማም ንእኡ ሂቡ ይዛረብ። ግና መለኮት ብባህሪኡ ሓመመ ኣይበለን። እቲ ለዋኅ እግዚኣብሔር ብዘይምርመር ግብሪ፡ ቡቲ ብሕማም ንሰብ ዝመሰለሉ ባህሪኡ ሓመመ በለ እምበር። ሮሜ 5፡10። ዕብ 2፡14። 4፡14-16።
፶፪ ይቤ ከመዝ ንሰብክ በምሥጢር ጥበበ እግዚአብሔር ኅብእተ ወይእቲ እንተ ኢያእመራ መኑሂ እመላእክት ሶበሰ አእመሩ እምኢሰቀልዎ ለእግዚአ ስብሐት። ፩ቆሮ ፪፡፮-፲ ።	42 ነታ ዝተሠወረት ጥበብ እግዚኣብሔር ከምዚ ኢልና ብምሥጢር ንምህር ኣሎና ። ነዚኣ ውን ካብቶም ሓለቓታት ማንም ዘይፈልጣ እያ። እንተ ዝፈልጥዎስ ነቲ ጐይታ ክብሪ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም። 1ይ ቆሮ 2፡6-10።
፶፫ ወእግዚአ ስብሐትሰ ኢሐማሚ ውእቱ ወኮነ ፩ደ ምስለ ዘይትዌከፍ ሕማመ ወከመዝ ተወክፈ ስቅለተ። ፩ቆሮ ፩፡፲፩-፳፩ ።	43 እዚ ናይ ክብሪ በዓል ቤትዚ፡ ንሱ ዘይሓምም እዩ። ሕማም ምስ ዝሰማምዖ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ እዩ። በዚ ኽኣ ሰብ ብምኻኑ ተሰቐለ። 1ይ ቆሮ 1፡11-25።
፶፬ ወፈቀደ እግዚአብሔር ቃል ይሕምም በእንተ እንለ እመሕያው ወበህላዌሁሰ ኢይትዌከፍ ሕማመ ተትሕተ እስከ	44 እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ንከድኅን ብባህርየ ሰብ ኽሓምም ፈተወ። መለኮቱ ግና ብባህሪኡ መከራ ኣይቅበልን እዩ። ሕማም ምስ ዝሰማምዖ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ክሳዕ ምኻን በጺሑ ሥራሕ

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፰፡ ም ፵፱	ዘኤራቅሊስ ም. 48፡ ም. 49
ኮነ ፩ደ ምስለ ዘየሐምም ከመ በተዋሕዶ ይኩን ሕማም ለእግዚአብሔር ቃል። ዕብ ፪፡፰-፲፩። ዮሐ ፲፡፲፯-፲፰ ።	ትሕትና ሠርሐ። እዚ ኸኣ ብተዋሕዶ ሕማም ምእንቲ ናይ እግዚአብሔር ቃል ገንዘብ ክኸውን እዩ። ዕብ 2፡8-11። ዮሓ 10፡17-18።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፵፱ ክፍል ፲፩	**ምዕራፍ 49 ክፍሊ 11**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤራቅሊስ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትሥጉቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	1 ደጊሙ ድማ ቅዱስ ኤርቅሊስ ብዛዕባ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነገረ ሥጋዌኡ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፪ ብዕል ወረባህ ውእቱ ጸጋሁ ለእግዚአብሔር ዘኢይትኰለቊ ለጉባኤ መንፈሳዊ ወህየ ሀሎ ምሥያጥ ዘቤተ ክርስቲያን ዘያብዕል። መዝ ፻፲፪(፻፲፩)፡ ፩-፫። ማቴ ፲፰፡፲፱-፳።፪ቆሮ ፰፡፩-፱።	2 ነቶም መንፈስ ቅዱስ ዝኣከቦም ምእመናን ዝገበሮ ዘይቀጸር ናይ እግዚኣብሔር ለውሃቱ ክብርን ረብሓን እዩ። ንምእመናን ዝዕድግ ዘበልጽግ ዕዳጋ ኣብዚ ኣሎ። መዝ 112(111)፡1-3። ማቴ 18፡19-20። 2ይ ቆሮ 8፡1-9።
፫ ዘውእቱ ምሥጢረ ሥጋሁ ወደሙ ቅዱስ ለክርስቶስ ወነጽሮ ብርሃነ መስቀሉ ዘምሉእ መድኃኒተ ወዘኢይትከሀል ለተነግሮ ብዕለ ቅንዋት ቅዱሳት ወህየ ይትረከብ በከንቱ መዝገበ ሀብታት ሰማያዊት ። ዮሐ ፮፡፶፮-፶፱። ኤፌ ፪፡፩-፲፱። ኢሳ ፶፭፡፩-፫። ራእ ዮሐ ፳፪፡፲፯ ።	3 እዚ ድማ ናይ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን እዩ። ከምኡ ውን ነቲ ድኅነት ዝመልአ ብርሃነ መስቀሉ ምርኣይ እዩ። ብክንገር ዘይክኣል ብቅዱሳት ቅንዋት ዝተረክበ ክብሪ እዩ። ካብዚ ዋጋ ዘይክፈሎ ናይ ሰማያዊ ሃብቲ መዝገብ ይርከብ። ዮሓ 6፡27-64። ኤፌ 2፡4-19። ኢሳ 55፡1-3። ራእ ዮሓ 22፡17።
፬ ንሕነሰ ኢነአምር መጠነ ንዴት ዘተወክፎ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በእንቲኣነ ወኢረከበ ብዕለ ውስተ አሐቲ ገጸ መካን በኀቤነ ። ፪ቆሮ ፰፡፱። ፊልጵ ፪፡፭-፲።	4 ንሕና ግና ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ዝተቐበሎ መጠን ውርደት መርሚርና ኣይንፈልጥን ኢና። ብናትና ባህርይ ብሓንቲ ወገን እኳ ክብሪ ኣይረኸበን።2ይ ቆሮ 8፡9።ፊል 2፡5-10።
፭ እመሰ ትፈቅድ ታእምር ኦ ፍቁርየ ነጽር ውስተ መጻሕፍት ቅዱሳት በኀድአት ብዕለ ዘአልቦቱ ወሰን ወክብር ዓቢይ ዘወሀበነ ክርስቶስ ወበዝንቱ ተአምር ርቱዓ እስመ እግዚእነ ክርስቶስ ዘሀሎ እምቀዲሙ ይገብር ሠናያተ ምስለ ትዝምደ እጓለ እመሕያው በኵሉ ገጽ ወበብዙኅ አምሳላት።	5 ኦ ፍቁረይ! ብልክዕ ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና መጠን ዘይብሉ ሃብትን ክብርን ክትፈልጥ እንተደሊኻ ሃዲእካ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣንብብ። በዚ ኸኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብብዙኅ ወገንን ብብዙኅ ሥራሕን ካብ ቅድም ጀሚሩ ንሰብ ሠናይ ይገብር ከምዝነበረ ቅኑዕ ፍልጠት ክትፈልጥ ኢኻ።
፮ ሶበ ረከቦ ለአዳም ዘተሰደ እምገነተ ተድላ ውስተ ማኅደረ ዐላውያን ሜጠ	6 ነቲ ካብ ፍጹም ሓጐስ ዘለዋ ገነት ዝተሰደ ኣዳም፡ ኣብታ ዓላውያን

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
ወአንበሮ ምስለ እለ ሀለዉ ውስተ ሰማያት ወሶበ ነጸሮ ለአቤል ቅቱለ በእንተ ቍርባን ረሰዮ መኰንነ ወተወክፎ ለባሕቲቱ እምድኅረ ሞቱ ። ዘፍ ፬፡፩-፭። ፬፡፫-፬። ኤፌ ፪፡፬-፯። ዕብ ፲፩፡፬። ፲፪፡፭። ፩ዮሐ ፫፡፲፪።	ኣጋንንቲ ዘለውዋ ሲኣል ምስ ረኸቦ፡ መለሶ። ምስቶም ኣብ ልዕልና ዘለዉ መላእኽቲ ውን ኣቑመጠን። መሥዋዕቱ ስለዝተቐበለሉ ነቲ ዝተቐትለ ኣቤል ምስ ርኣዮ ፈራዲ ገበሮ። ድኅሪ ሞቱ ውን ንእኡ ጥራይ ተቐበሎ። ዘፍጥ 3፡1-24። 4፡3-10 ። ኤፌ 2፡4-7። ዕብ 11፡4። 12፡24። 1ይ ዮሓ 3፡12 ።
፯ ወሶበ ነጸሮ ለኖኅ አመ ተአይኅ ምድር ዐቀቦ ይኩን ተረፈ ለነገደ ሕዝቡ ወሶበ ረከቦ ለአብርሃም ኅጉለ ሶበ ተክዕዉ አሕዛብ ውስተ ኅብረተ እከይ ወጹግ አመሮ ለጻድቅ ወዐቀቦ እግዚአብሔር እንበለ አበሳ ወነውር ወረሰዮ አበ ለብዙኃን አሕዛብ። ዘፍጥ ፮፡፩-፰። ፰፡፩-፭። ፱፡፩-፲። ፲፪፡፩-፭። ግብ ሐዋ ፯፡፩-፰። ሮሜ ፬፡፩-፰። ዕብ ፲፩፡፯-፲። ፪ጴጥ ፪፡፭ ።	7 ምድሪ ብማይ ኣይኒ ኣብ ዝጠፍኣትሉ ዘመን፡ ንኖኅ ምስ ርኣዮ ነቶም ወገናቱ ኣቦታት ዘርኢ ኃድጊ ምእንቲ ክኸውን ሓለዎ። ኣሕዛብ ናብ ኃጢኣትን ክሕደትን ተኣኪቦም ኣብ ዝኸድሉ ጊዜ፡ ንኣብርሃም ተጐዲኡ ምስ ረኸቦ ንጻድቕ ኣብርሃም ሃይማኖት ገለጸሉ። እግዚአብሔር ከኣ ኃጢኣትን ክሕደትን ዘይብሉ ጌሩ ሓለዎ።ኣቦ ብዙኃት ኣሕዛብ ውን ገበሮ። ዘፍጥ 7፡1-24። 8፡1-22። 9፡1-18።12፡1-7።ግብ ሐዋ 7፡1-8። ሮሜ 4፡1-25። ዕብ 11፡7-10።2ይ ጴጥ 2፡5።
፰ ወሶበ ርእዮ ለሎጥ ጻድቅ ባልሐ እም እለ ይትነጐሉ ረሲዓን ወአድነኖ በጐ ይይ ሶበ ወረደት እሳት ዲበ ኃምስቱ አህጉር። ዘፍጥ ፲፱፡፩-፳፭። ፪ጴጥ ፪፡፯-፰።	8 ንጻድቕ ሎጥ ምስ ርኣዮ፡ ካብቶም ሕጊ ዘፍርሱን ዝጠፍኡን ሰባት ፈልዩ ኣድኃኖ። ኣብ ልዕሊ 5ተ ሃገራት ሓዊ ኣብ ዝወረደሉ ጊዜ ውን ብምህዳም ኣድኃኖ። ዘፍጥ 19፡1-38። 2ይ ጴጥ 2፡7-8።
፱ ወሶበ ርእዮ ለይስሐቅ ዐቀቦ ጽኑዐ በምሕረቱ እምነ መጥባሕት ወቤዘዎ በበግዕ ወሶበ ርእዮ ለያዕቆብ ላእኩ ባልሐ እምፃማ ወሕማም ወመርሐ ውስተ ፍኖተ ርትዕ አመ ጐየ እመዓተ እኁሁ ወአርአዮ መንግሥተ እግዚአ ብሔር ወወህቦ አእምሮ ቅዱሳን ። ዘፍጥ ፳፪፡፩-፲፬ ። ፳፰፡፩-፳፪ ። ፴፪፡፩-፪ ። ዕብ ፲፩፡፲፯-፳፪ ።	9 ንይስሓቕ ውን ምስ ርኣዮ፡ ብምሕረት ዝጸንዐ ጌሩ ካብ ማሕረዲ ሓለዎ። ብናይ በጊዕ ቤዛነት ውን ኣድኃኖ። ንፈታዊኡ ያዕቆብ ውን ምስ ርኣዮ፡ ካብ ኵሉ መከራኡ ኣድኃኖ። ካብ ቀጥዓ ኃዉ ምስ ሃደመ ብቅኑዕ መገዲ መርሐ። መንግሥቲ እግዚአብሔር ውን ኣርኣዮ፡ ቅዱሳን መላእኽቲ ንምርኣይ ኣብቅዖ። ዘፍጥ 22፡1-14። 28፡1-22። 32፡1-2። ዕብ 11፡11-22።
፲ ወሶበ ርእዮ ለዮሴፍ ጻድቅ ተሠዪጠ ወተሞቂሖ አድነኖ እምኃጢኣት ወወረደ ምስሌሁ ውስተ ግብጽ ወኢነደጎ ውስተ ሙቃሔሁ እስከ ሶበ አምጽአ ሎቱ ሚመተ መንግሥት	10 ንጻድቕ ዮሴፍ ውን ተሸይጡ ኣብ ማሕቡስ ኣትዩ ምስ ርኣዮ፡ ካብ ኃጢኣት ኣድኃኖ። ናብ ግብጺ ምስኡ ወረደ፡ክሳዕ ሚመተ መንግሥቲ ዘምጽኣሉ ውን ኣብ ማእሠርቲ ኣይጎደጎን።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
ወረሰዮ ይኩን አምሳለ ለንጽሕ። ዘፍጥ ፴፯፡፲፰-፴፮። ፴፱፡፩-፳፫። ፵፩፡፴፱-፵፫። መዝ ፻፭(፻፬)፡፲፯-፳፪። ግብ ሐዋ ፯፡፱-፲፪።	ናይ ንጽሕና ምሳሌ ውን ገበሮ። ዘፍጥ 37፡18-36። 39፡1-23። 41፡39-43። መዝ 105(104)፡17-22። ግብ ሐዋ 7፡9-12።
፲፩ ወሶበ ነጸሮ ለሙሴ ላእከ እግዚአብሔር እንዘ ይጐይይ ረሰዮ መራሔ ለሕዝቡ ወተቃዋሚ ለነገሥት ጽኑዓን ብዙኃን በተአምራት ወመንክራት ወበእንተ መፍቅድ ሠጠቀ ባሕረ ወአጎለፎሙ ለሕዝበ እስራኤል ውስተ ገዳም ሰቀለ አርዌ ምድር ዘብርት ይኩን ፈውሰ አምሳለ ፈውስ ዘይከውን ድኅረ። ዘፀአ ፫፡፪-፰። ፲፬፡፲፰-፴፩። ዘኍ ፳፩፡፩-፴፭። መዝ ፻፴፭(፻፴፬)፡፱-፲፪ ። ግብ ሐዋ ፯፡፴-፴፯። ዮሐ ፫፡፲፬ ።	11 ነቲ ፈታዊ እግዚአብሔር ሙሴ ክሃድም ምስ ርኣዮ ንሕዝቡ መራሒ፡ ብዝተፈላለየ ተኣምራት ውን ንብዙኃትን ተረርትን ነገሥታት ተቓዋሚ ገበሮ። ስለ ዝፈተዎ ውን ነቶም ወገናቱ እስራኤል ባሕሪ ከፊሉ ኣሳገሮም። ነቲ ደኃር ዝግበር ድኅነት ንእኡ ምሳሌ ዝኸውን፡ ምእንቲ ከሕውይ ኣብ ምድረ በዳ ብምስሊ ተመን ዝተሠርሐ ኣስራዚ ሰቐለ። ዘፀአ 3፡2-8። 14፡18-31። ዘኍ 21፡1-35። መዝ 135(134)፡9-12 ። ግብ ሐዋ 7፡30-37 ። ዮሓ 3፡14 ።
፲፪ ወለአሮን እኁሁ ረሰዮ ካህነ ያብእ መሥዋዕተ ወያስተሥሪ ኃጢአተ ወለበትሩሂ ይብስት ረሰያ ትሥርጽ ወትጽጊ ዘኢህላዌሃ አምሳሊሃ ለድንግል እንተ ጸገየቶ ለመድኀን ወእምእንስሳሂ እለ አልቦሙ ንባብ ረሰያ ለእድግተ በለዓም ነባቢተ። ዘሌዋ ፬፡፩-፳፬። ዘኍ ፲፯፡፩-፲፫። ፳፪፡፳፰-፴፩። ፪ጴጥ 2፡፲፭-፲፮።	12 ንኃው ኣሮን ውን መሥዋዕቲ ሠዊኡ፡ ኃጢኣት ንክሥተሰሪ ካህን ገበሮ። ነታ ዝደረቐት በትሩ ውን ከምታ ንመድኃኒና ዘርከበት ድንግል ብዘይ ባህሪኣ ከም እትልምልምን ትዕምብብን ገበራ። ካብቶም ምዝራብ ዘይከኣሎም እንስሳታት ውን ብዘይባህሪኣ ንኣድጊ በለዓም ከም እትዛረብ ገበራ። ዘሌዋ 4፡1-24። ዘኍ 17፡1-13። 22፡20-31። 2ይ ጴጥ 2፡15-17።
፲፫ ወሶበ ረከቦ ለኢያሱ ወልደ ነዌ እንዘ ይቴክዝ በእንተ ዕርበተ ፀሐይ ረሰዮ የአንዝ ልጓመ ፀሐይ ወወርኀ ወዝሙታ ለረአብ ዘማ ሜጠ ኀበ ተውዳሰ በእንተ ዘአፍቀረቶሙ ወአድኀነቶሙ ለአናግድ። ኢያ ፪፡፩-፲፮። ፲፡፲፪። ዕብ ፲፩፡፴፩። ያዕ ፪፡፳፭።	13 ወዲ ነዌ ኢያሱ ውን መሲዎ ክኃዝን ምስ ረኸቦ ንፀሓይን ወርኀን ከምዘቖመ ገበሮ። ነቶም ልኡኻት ተቐቢላ ስለዘድኃነቶም ውን ናይ ረኣብ ዘማ ዝሙታ ናብ ውዳሴ ለወጠ። ኢያ 2፡4-18። 10፡12። ዕብ 11፡31። ያዕ 2፡25።
፲፬ ወለሳሙኤልሂ ረሰዮ ካህነ ወቀባኤ ነገሥት ወሶበ ረከቦ ለዳዊት ይሬኢ ጎዳጠ አባግዐ ረሰዮ ሥርወ መንግሥት ወአበ ለምሥጢር ዘምሉእ ፍርሃት። ፩ሳሙ ፫፡፲፱። ፲፡፩-፲። ፲፮፡፩-፲፫። ግብ ሐዋ ፲፫፡፳-፳፫።	14 ንካህን ሳሙኤል ውን ንነገሥታት ዝቀብእ ገበሮ። ንዳዊት ውን ጎደት ኣባጊዕ ክሕሉ ምስ ረኸቦ መሠረት መንግሥትን ናይቲ ዘይምርመር ምሥጢር በዓል ቤትን ገበሮ። 1ይ ሳሙ 3፡19። 10፡1-10። 16፡1-13። ግብ ሐዋ 9፡20-23።
፲፭ ወለኤልያስ ዘጦየ እምገጸ ኤልዛቤል አልዐሎ ወረሰዮ ይትጋወር ሰማያውያነ	15 ካብ ቅድሚ ኤልዛቤል ዝሃደመ ኤልያስ ድማ ኣዕረጎ፡ ንመላእኽቲ ከምዝመስል

ዘኤራቅሊስ ም. ፶፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
ወለእቶነ እሳት ዘባቢሎን ረሰዮ ጠለ ለ፫ቱ ደቂቅ ወለአናብስትኒ ረሰዮሙ ይቁሙ ውስተ ግብ ለዳንኤል ከመ ደቂቅ ግሡፃን እለ ይቀውሙ ቅድመ ሊቆሙ ወለአንበሪ ዘውስተ ባሕር ረሰዮ ቀይጡነ ለነቢይ ዮናስ። ፩ነገ ፲፱፡፩-፫። ፪ነገ ፪፡፩-፲፫። ዳን ፫፡፲፯-፴። ፭፡፩-፳፰። ዮና ፪፡፩-፲፩።	ድማ ገበሮ። ነቲ ሰብ ባቢሎን ዘንደድዎ ሓዊ፣ ንዓተ መንእሰያት ኣዝኃለሙም። ከምቲ ዝተቐጽዑ ቁልዑ ኣብ ቅድሚ መምህሮም ዝቕሙ ነቶም ኣናብስ ውን ንዳንኤል ኣብ ውሽጢ ጕድጓድ ተቐጺ ያም ከም ዝቕሙ ገበሮም። ነቲ ኣብ ባሕሪ ዝነበረ ዓሣ ኣንበሪ ድማ መጎደሪ ነቢይ ዮናስ ገበሮ። 1ይነገ 19፡1-3። 2ይ ነገ2፡1-13።ዳን3፡12።6፡1-28።ዮና2፡1-11።
፲፮ ወኢይክል ልሳን ይትናገር ዕበየ ብዕል ዘቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዘምሉዕ እምኵሉ ሠናያት ወመድኃኒት በዝየ ሀብታት ምድራውያት ወህየንቲሆሙ ወህበነ ሀብታተ ሰማያውያነ። ማቴ ፮፡ ፱-፳፫።	16 ናይታ ውልድነትን ድኅነትን ዝተመልኣት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ናታ ዕብየት ኽብራ ልሳን ክዝረቦ ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ ምድራውያን ሃብታት ኣለዉ፡ ኣብ ክንዲ ምድራውያን ግና ሰማያውያን ሃብታት ሃበና። ማቴ 6፡9-33።
፲፯ በዝየ አጥርዮ መዛግብት ሜጥ ወተሠይጠ ወህየንቴሆሙ ወህበነ ረባሐ ትሩፋት።	17 ኣብዚ ወርቂ ገንዘብ ምክዕባት፡ ምሻጥ ምዕዳግ ነበረ። ኣብ ክንዲኡ ግና ብትሩፋት ዝርከብ ክብሪ ሃበና።
፲፰ በዝየ ደመናት ፀዋርያነ ዝናም ዘወንጌል ቅዱስ በዝየ አቅርንት እንተ ሐዋርያት ዘሥሉስ ቅዱስ ሰባክያነ ሥላሴ እለ ኢተፈጥሩ።	18 ኣብዚ ናይ ቅዱስ ወንጌል ዝናም ዝተሸከሙ ደመናት (ሓዋርያት) ኣለዉ። ሥላሴ ዝሾሞዎም፡ ነቶም ዘይተፈጥሩ ሠለስተ ኣካላት ዝምህሩ ናይ ሓዋርያት መጻሕፍቲ ኣብዚ ኣለዉ።
፲፱ በዝየ ንዋየ ማኅሌት ዘመንፈስ ወይተልዎ ፍሥሓ ወሐሤት በዝየ ንቡር አዳም ብእሲ ምድራዊ ወፀዳለ ብርሃን ዘእግዚእ ሰማያዊ። ዕብ ፩፡፩-፫	19 ኣብዚ ፍጹም ሓጐስ ዝርከበሉ ናይ መንፈሳዊ ምስጋና መሣርሒ ኣሎ። ናይ ሰማያዊ እብ መግለጺ ጐይትነቱ ዝኾነ ወልድ ምስ ምድራዊ ሰብ ኣዳም ተዋሒዱ ኣብዚ ኣሎ። ዕብ 1፡1-3።
፳ በዝየ ነትዐ ዘያሜክር እምቅድም ወጸንዐ ሰጊድ ለምሥጢር ድንግልናዊ በዝየ ተሠጠ መጽሐፈ ኃጣውኢነ ወዘእንበለ ማኅለቅት ተሰፍሐ ፍሥሓነ ወተጽሕፈ መጽሐፈ ግዕዛንነ ወሕይወተ ነፍሳቲነ ። ቈላ ፪፡፲፬። ሮሜ ፰፡፳፩።	20 ካብ ቅድም ጀሚሩ ዝፍትን ዲያብሎስ ኣብዚ ተሳዕረ። ነቲ ብድንግልና ዝተፈጸመ ምሥጢር ውን ምስጋድ ጸንዐ። በዚ ኸኣ ደብዳቤ ኃጢኣትና ተቐደደ። ሓጐስና ድማ እምብዛ በዝኀ። ካብ ዲያብሎስ ናዛ እኾነሉን ሕይወት ነፍስና እንረክበሉን መጽሓፍ ተጻሕፈ። ቈላ 2፡14። ሮሜ 8፡21።
፳፩ አ ለዝንቱ ልደት ዘኮነ ውስተ ምድር ወመዓዛሁ ውስተ አርያም ወይሴብሕዎ በዝየ በቃል ዓቢይ። ሉቃ ፪፡፲፬። ፩ ጢሞ ፫፡፲፮።	21 ኣብ ዓለም ንዝተገብረ፡ ምስጋናኡ ሰማያዊ ንዝኾነ ነዚ ልደትዚ ኣንክሮ ይግባእ። ኣብዚ ዓለም ዓው ኢሎም ይምህሩሉ። ሉቃ 2፡14። 1ይ ጢሞ 3፡16።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
፷፪ በዝየ ርጢነ ፈውስ ሠናይ ዘጾም ወረባሕ አርብዓ ዕለት ቅድስት። ኢሳ ፶፰፡፫-፲፩። ኢዩ ፪፡፲፬-፲፰።ማቴ ፬፡፪።	22 ኣብዚ ፍሉይ ዝኾነ ኣብ 40 መዓልቲ ብዝግበር ትሩፋት፡ ብጾም ዝርከብ ሠናይ መድኃኒት ኣለው። ኢሳ 18፡3-11። ኢዩ 2፡4-18። ማቴ 4-2።
፷፫ ወዓስበ ጽድቀ ድንግልና ዘይትዔረይ ምስለ መላእክት ወምሕረት ውኩፍ ወብጽዓተ ትፍሥሕት ወራኅበ እንግድዓ ዘአልቦቱ መሥፈርት ወልቡና ወትዕግሥት ዘኢይትዐወቅ። መዝ ፷፮ (፷፭)፡፲፫-፳።	23 ኣብዚ ምስ መላእኽቲ ዝመሳራረ ብድንግልና ዝርከብ ዓስቢ ጽድቂ ኣለው። እግዚኣብሔር ዝቕበሎ ምጽዋት፡ ዘሕጕስ መብጽዓ፡ መሥፈሪ ዘይብሉ ናይ ስፍሓት ኣእምሮ ፍልጠት ኣለው። ዘይምርመር ትዕግሥቲ ውን ኣለው። መዝ 66(65)፡13-20።
፷፬ ወሃይማኖት እንበለ ተኃሥሦ በሥሉስ ቅዱስ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እለ ኢተፈጥሩ ወሥርዓተ ትስብእቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘኢይትረከብ ። ፪ጴጥ ፩፡፲፮። ማቴ ፫፡፲፮-፲፯። ፷፰፡፲፱-፳።	24 ብዘይ ተፈጥሩ ሥሉስ ቅዱስ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ብዘይ ጥርጥር ዝኣምንዎ እምነት ኣለው። ብዘይምርመር ግብሪ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነሉ ብምሥጢረ ሥጋዌ ዝኣምንዎ እምነት ውን ኣለው።2ይ ጴጥ 1፡16።ማቴ 3፡16። 28፡19-20።
፷፭ ወለእመ ኀሠሥከ በሕሊናከ ትረክቦ ለዝንቱ መንክር ክሡተ በኵሉ ሐተታ ዘሐተትከ ወልቡናሂ ይሴአል ዘከመ እፎ ኮነ እግዚኣብሔር ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ወእፎ ኮነ ቃል አሐደ ምስለ ልሕኵቱ እንበለ ቱሳሔ ወተወክፈ እግዚኣብሔር አርአያ ሥጋ እንበለ ሙስና።	25 ደጋጊምካ ብልቡናኻ ምስ ትምርምሮ፡ እዚ ድንቂ ምሥጢርዚ ብግህዶ ርዱእ ኮይኑ ክትረክቦ ኢኻ። እግዚኣብሔር ብዘይ ምልዋጥ ከመይ ኢሉ ሰብ ከምዝኾነ፡ ቃል ምስቲ ዝፈጠሮ ሥጋ ብዘይ ምትሕውዋስ ከመይ ኢሉ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከም ዝኾነ፡ እግዚኣብሔር ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ከመይ ኢሉ ከምዝተዋሓደ፡
፷፮ ወኢተወለጠ እምዘቦቱ እምዕሪናሁ ምስለ አብ እንበለ ጥንት ወአስተርአየ በዘቦቱ ኮነ ድኅረ እምቅድስት ድንግል ማርያም ወዘቦቱ አልቦቱ ጥንት ወዘቦቱ ኮነ ኢኮነ ምትሐተ ወኢጽላሎተ።	26 ጥንቲ ከይነበሮ ካብቲ ምስ **ኣብ** ዘለዎ ሓድነቱ ካብ ባህርዩ ከምዘይተለወጠ፡ ደኃር ቡቲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ዝኾነሉ ባህርዩ ከምዝተገልጸ፡ ቅድም ዝነበሮ ባህርዩ ጥንቲ ከምዘይብሉን ደኃር ሰብ ዝኾነሉ ባህርዩ ምትሓት ሓሶት ከምዘይኮነን ልቢ ውን ይምርምር።
፷፯ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ዘበአማን አምላክ ወሰብእ ወዝንቱ አማን ዕሩይ ምስለ አብ ወካዕበመ ኮነ ውስተ ዘዚአነ ወዘሂ ኮነ እንበለ ኃጢአት።	27 ብሓቂ እቲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ፡ ንሱ ሓደ በይኑ እዩ። ንሱ ብሓቂ ምስ **ኣብ** ሓደ እዩ። ደኃር ውን ብባህሪና ተገልጸ። ሰብ ዝኾነ ኸኣ ብዘይ ዘርእን ብዘይ ሩካቤን እዩ።
፷፰ ወህላዌ መለኮቱ ኢኮነ ፍጡረ ወዘነ ሥኣሂ ጽድቅ ውእቱ ወ፩ዱ ወልድ ወአኮ ህላዌያት ዘይከፈሉ ኀበ ፪ቱ	28 ባህርየ መለኮቱ ውን ፍጡር ኣይኮነን። ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ሓቂ እዩ። ሓደ ወልድ እዩ። ባህርያት ናብ ክልተ ኣካላት

ዘኤራቅሊስ ም. ፶፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
አካላት አላ ሥርዓት መፍርህ ረሰዮሙ ለ፪ቱ አካላት ፭ደ አካለ ወ፭ዱ ወልድ ውእቱ።	ኣይክፈሉን እዮም። ተዋሕዶ ነቶም ክልተ ኣካላት(መለኮትን ትስብእትን) ሓደ ኣካል ገበሮም ደኣ እምበር። ሓደ ወልድ እዩ።
፷፱ ወለእመ ዐላውያን ይክሕዱ ዘንተ ወአይሁድኒ ያሰትቱ በዕበዶሙ ወመስግላንሂ ይትዐቀፉ በእንቲኣሁ ወለሊሁሰ ኢተፈልጠ እምአብ በእንተ ዘተሰብአ ወተሠገወ ወኢተወለጠ በእንተ ዘኮነ ሰብአ ወኢተቶስሓሂ።	29 መናፍቓን ነዚ እንተከሓዱ፣ ኣይሁድ ብስንፍናኦም እንተነቐፉ፣ ፈላጣት ኢና ዝብሉ ሰባት ውን ሰብ ምኻኑ እንተ ተጠራጠሩ፣ ንሱ ግና ሰብ ብምኻኑ ካብ **አብ** ኣይተፈልየን። ሰብ እንተኾነ ውን ኣይተለወጠን ኣይተሓዋወሰን።
፸ ለሊሁ ኮለንታሁ በሰማይ ወለሊሁ ኮለንታሁ በምድር ወህልው ውስተ ኵሉ መካን።	30 ንሱ ኮለንትናኡ ኣብ ሰማይ እዩ፣ ንሱ ኮለንትናኡ ኣብ ምድሪ እዩ። ኣብ ኣርባዕተ መዓዝናት ምሉእ እዩ።
፸፩ ወእንዘ ኢይትከፈል ህላዌ መለኮቱ ተዐገሠ ሕማመ በዘለብሶ ወአግአዘ ኵሎ ዓለመ በተወክፎቱ ሕማመ በዘቦቱ ወበዘንሰምዮ ወልደ ናሁ ኮነ ለነ ወልደ በህብት ወንሰምዮ እግዚአብሔር ቃል እስመ አምላክ ውእቱ በህላዌሁ። ኢሳ ፱፡፮-፰። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ራእ ዮሐ ፲፱፡፲፩-፲፭።	31 ባህርየ መለኮቱ ከይተፈልየ ብዝተዋሓዶ ሥጋ ፈትዩ መከራ ተቐበለ። ብዝተፈልየ ኣካሉ መከራ ብምቕባሉ ንኵሉ ዓለም ኣድኃነ። ቡቲ ወልድ ንብሎ ውን ርእሱ ንተዋሕዶ ብምሃቡ ወዲ ተሰመየልና። ናይ ባህርይ ኣምላኽ ስለዝኾነ ቃል እግዚአብሔር ንሰምዮ ኣሎና። ኢሳ 9፡6-8። ዮሓ 1፡1-14። ራእ ዮሓ 19፡11-15።
፸፪ ወሕሊና ዘኢይትፈለጥ እምአቡሁ በህላዌሁ ዘይመርሕ ግብረ እግዚአብሔር ወሰብእ ወኃይል ዘየዐቅብ ኵሎ ዘኮነ ዘበአማን በአርአያሁ ለአብ ወልድ ዘዕሩይ ምስለ አብ ዘተወልደ እምኔሁ ዘእንበለ ውላጤ ። ፊልጵ ፪፡፮። ዮሐ ፩፡፲፰። ዕብ ፩፡፪-፬።	32 ናይ ሰብን ናይ ኣምላኽን ሥራሕ ዝገብር ቡቲ ብባህርዩ ካብ አቦኡ ዘይፍለ ሕሊና እዩ። እዚ ንዝተፈጥረ ኵሉ ፍጥረት ዝሕሉ ኃይሊ እዩ። ብሓቂ ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ፣ ብባህርይ ውን ዝተኻኸሎ እዩ። ብዘይ ምልዋጥ ካብኡ ዝተወልደ ምስ **አብ** ማዕረ ዝኾነ ወልድ እዩ።ፊል 2፡6።ዮሓ 1፡18። ዕብ 1፡2-4።
፸፫ ውእቱ ፀሐየ ጽድቅ ዘአብርሃ ለነፍሳቲነ ወሕይወት ዘቦቱ ነሐዩ ወቦቱ ናንሰሐስሕ እንዘ ንቡራን ንሕነ በጽድቅ። መዝ ፻፱(፻፲)፡፬። ሚል ፬፡፪። ዮሐ ፩፡፬ ።	33 ንሰብነትና ትንሣኤ ዝሃበ ፀሓይ ጽድቂ እዩ። ብሕያውነት ጸኒዕና እንነብረሉ ሕይወት እዩ። ብሃይማኖት ጸኒዕና እንተሎና ብናቱ ሕይወት ንትሩፋት ንሰልጥ ኢና። መዝ 19(18)፡4። ሚል 4፡2። ዮሓ 1፡4።
፸፬ ወለሊሁ ይሁብ ለኵሉ ንጽሐ ዘከመ ድልወት ወያአትት ኃጢአተ ወመድኃኒት እስመ አድኅነ ዓለመ በደሙ ወወሀበ ትንሣኤ ለእለ ማሰኑ በሐዲስ ሕግ። መዝ ፻፲፩(፻፲)፡፱።	34 ንሱ ንኵሉ ሰብ ዘዝግብኦ ክብሪ ይህብ። ኃጢኣት ውን የስተሰሪ እዩ። መድኃኒት እዩ። ከመይ ንዓለም ብደሙ ስለዘድኃነን ነቶም ፈሪሶምን በስቢሶምን ዝነበሩ ሰባት ብሓዲሽ ሕጊ ትንሣኤ ስለዝሃበን እዩ።

ዘኤራቅሊስ ም. ፵፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
ኢሳ ፶፱፡፳። ዮሐ ፩፡፳፱። ፩ጴጥ ፩፡፲፰-፳።	መዝ 101(102)፡9። ኢሳ 59፡20። ዮሐ 1፡29። 1ይ ጴጥ 1፡18-20።
፴፭ ወዳእሙ አንተሰ ነበብከ ኦ አይሁዳዊ ወካዕበ ተናገር ዘተርፈ እምነገርከ አንሰ እትናገር ወኢያረምም ወእሠርህ በቃል ዐቢይ እንዘ እብል እስመ ውእቱ ገብረ ሥርዓተ መድኃኒት ዘምሉእ ፍርሀተ። መዝ ፪፡፩-፫። ዮሐ ፲፡፲፱-፳። ማቴ ፳፰፡፲፪-፲፭። ፪ቆሮ ፩፡፲፯-፳።	35 ንሰኻ ኦ ኣይሁዳዊ ተዛረብካ፡ ዳግማይ ውን ካብቲ ነገርካ ዝተረፈ ተዛረብ። ኣነ ውን ክዛረብ እየ። ስቐ ኣይብልን፡ ቃለይ ዓው ኣቢለ ውን ነቲ ዘይምረመር ድኅነት ዝርከበሉ ሥራሕ፡ ሠሪሑ ኢለ ክዛረብ እየ። መዝ 2፡1-3። ዮሓ 10፡19-40። ማቴ 28፡12-15። 2ይ ቆሮ 1፡17-20።
፴፮ ወዘቦቱ ዓዲ ህልው ቦቱ ለሥቱ ለባሕቲቱ ወዘሰ ኮነ ቦቱ ኮነ በእንቲኣነ ወገብረ መንክራተ ከመ አምላክ ወተዓገሠ ሕማመ ከመ ሰብእ እንዘ ኢይትዌለጥ እምዘዚአሁ ።	36 ቅድም ዝተወልዶ ልደት ንእኡ ጥራይ ብእኡ ዘሎ እዩ። ደኃር ሰብ ዝኾነሉ ልደት ግና ምእንታና ተገብረ። ኣምላኽ ብምኻኑ ተኣምራት ገበረ፡ ሰብ ከም ምኻኑ ውን ካብ ባህርዩ ከይተለወጠ ፈተዩ ንሕማም ናቱ ገበሮ። ከመይ ባህሪኡ ከይተለወጠ ሰብ ስለዝኾነ።
፴፯ ወኮነ ሰብአ በሣህሉ ተሠገወ ወተወልደ እምቅድስት ድንግል ወኮነ ወልደ እጓለ እመሕያው ዘበአማን ውእቱ ፍኖተ ጽድቅ ዘይመርሐነ ኀበ አቡሁ ቅዱስ ውእቱ አንቀጽ ዘያበውእ ውስተ ገነተ ተድላ ። መዝ ፹፭(፹፬) ፡፯-፲፫። ዮሐ ፫፡፲፫-፲፱። ፲፩፡፮ ።	37 ብለውሃቱ ሰብ ኮነ፡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ተወልደ። ብሓቂ ወዲ ኣዳም ተባህለ፡ መሪሑ ናብ ቅዱስ ኣቦኡ ዘብጽሕ ሓቀኛ መንገዲ እዩ። ተድላ ነፍስ ናብ ዘለዋ ገነት ዘእቱ ኣፍ ደገ እዩ። መዝ 85(84)፡7-13። ዮሓ 3፡13-19። 14፡6።
፴፰ ውእቱ ኖላዊ ዘይሴአል በእንተ በግዑ ዘተገድፈ ውእቱመ በግዕ ዘተጠብሐ በእንተ ኵሉ ዓለም ወአንጽሐ ኵሎ ዓለመ እምነ ርኵስ። ኢሳ ፶፫፡፲፩። ፶፫፡፯።ማቴ ፲፰፡፲፪-፲፬። ዮሐ ፩፡፳፱። ፲፡፲፩-፲፮።	38 ነቲ ዝጠፍአ በጊዕ ዝደሊ ጓሳ ንሱ እዩ። ምእንቲ ኵሉ ዓለም ዝተሠውኡ፡ ንኵሉ ዓለም ካብ ኃጢኣት ዝንጽሐ በጊዕ ንሱ እዩ። ኢሳ 40፡11። 53፡7። ማቴ 18፡12-14። ዮሓ 1፡29። 10፡11-16።
፴፱ በአይ አምሳል ናስተማስል ሥርዓቶ ወውእቱ ዘእንበለ ውለጤ በህላዌ መለኮቱ ውእቱ አምላክ በዘቦቱ ውእቱ ሊቀ ካህናት በዘኮነ ቦቱ ። ዕብ ፬፡፲፬-፲፮። ግብ ሐዋ ፲፯፡፳፬-፴፪።	39 ሰብ ኮይኑ ንዝሠርሖ ሥራሕ ብምንታይ ምሳሌ ክንምስሎ ኢና። ብባህርየ መለኮቱ ምልዋጥ የብሉን፡ ብባህርዩ ኣምላኽ እዩ። በቲ ሰብ ዝኾነሉ ግብሪ ውን ሊቀ ካህናት እዩ። ዕብ 4፡14-16። ግብ ሐዋ 17፡24-32።
፵ ውእቱ እንበለ እም በዘይፈደፍድ እምኔነ ወውእቱ እንበለ አብ በዘዚአነ ወአልቦ መኑሂ ዘይክል ይትናገር ልደቶ በኵሉ ገጽ።	40 በቲ ካባና ዝፍለየሉ ልደት ኣደ የብሉን፡ ነኣና ብዝመስል ልደት ውን ኣቦ የብሉን። ነቲ ቅድምን ደኃርን ዝኾነ ልደቱ ክዛረብ ዝኽእል የልቦን።

ዘኤራቅሊስ ም. ፶፱	ዘኤራቅሊስ ም. 49
፶፩ ውእቱ ኢማሳኒ በላዕሉሂ ወበታሕቱሂ ኢይትነገር ወኢይተረጐም በኵሉ መካን።	41 ኣብ ሰማይን ምድርን ንሱ ዘይብሉ ኣይንገርን፡ ኣይምርመርን እዩ። ኣብ ኵሉ ቦታ ምሉእ እዩ።
፶፪ ውእቱ ነሥአ ሥጋ ወነፍሰ ወልቡና ከመ ኢይኩን ሞት በእንቲአሆሙ።	42 ሞት ንከይሥልጥኖም ምእንትዚ ነፍስን ሥጋን ወሰደ።
፶፫ ለሰማዕያንሂ ዓዲ ይከውን ውስቴቶሙ ተገሥፅ አንተ አይሁዳዊ በሕማማት ዘኮነ ቦቱ በእንቲአከ ወዳእሙ ኦ አይሁዳዊ ትዜከርኑ ተአምራተ ዘተገብረ ብከ።	43 ከምኡ ኸኣ ንዝሰምዑ ብነፍስን ሥጋን ምምሃር ይከኣል እዩ። ኣታ ኣይሁዳዊ ቡቲ ምእንታኻ ኣብኡ ዝኾነ ሕማም ሞት እመን። ብኣኻ ንዝተገብረ ተኣምራት ጥራሕ ዲኻ ትሓስብ፡
፶፬ ወትቤ ምንት ውእቱ ተአምራቲክሙ ኦ ተቃራኒሁ ለእግዚአብሔር አይኑ ተአምር ዘተገብረ በጎቤክሙ ዘከመ ተአምራት ዘተገብረ በጎቤነ።	44 ኣንታ ናይ እግዚኣብሔር ተቓዋሚ ተኣምራትኩም እንታይ እዩ፡ ትብል ኣሎኻ። ከምቲ ብኣና ዝተገብረ ተኣምራትከ ብኣኹም ዝተገብረ ተኣምራት እንታይ እዩ፡
፶፭ አይኑ መንክር ዘይደሉ ከመ ናንክር እምኔሁ ፈድፋደ ሰማይኑ ዘያዘንም ጎብስተ ወሚመ አምላክ ዘለብሰ ሥጋ። ዘፀአ ፲፮፡፲፫-፲፯። መዝ ፷፰(፷፯)፡፳፬።	45 ብእኡ ምእንቲ ፈጺምና ክንድነቕ እቲ ዝግባእ ተኣምራት እንታይ እዩ፡ ማና ዘዝንም ሰማይ ዲዩ፡ ወይሲ ሥጋ ዝተወሓደ ኣምላኽ እዩ፡ ዘፀአ 16፡13-17። መዝ 78(77)፡24።
፶፮ ባሕርኑ ዘተከፍለ ከመ ያንሶስዉ ውስቴቱ ወሚመ ድንግል እንተ ወለደት ወኢማሰነ ድንግልናሃ እምድኅረ ወሊዶታ በትርኑ ዘአንቅዐ ማየ እምኰኵሕ ወሚመ መስቀል ዘአንጽሐ ዓለመ። ዘፀአ ፲፬፡፳፪። ፲፯፡፬-፯። መዝ ፷፰(፷፯)፡፲፫-፳። ፩ቆሮ ፲፡፩-፭።	46 ብውሽጡ ዝሰጋገሩሉን ዝመኃላለፍሉ ዝተኸፍለ ባሕሪ ዲዩ፡ ወይሲ እታ ዝወለደት ድኅሪ ምውላዳ ውን ምልክት ድንግልናኣ ዘይተለወጠ ድንግል እያ፡ ካብ ከውሒ ማይ ዘፈልፈለ በትሪ ዲዩ፡ ወይስ ነዚ ዓለም ካብ ኃጢኣት ዘንጽሐ መስቀል እዩ፡ ዘፀአ 14፡22። 17፡4-7። መዝ 78(77)፡13-20። 1ይ ቆሮ 10፡1-5 ።
፶፯ ተገሥፅ እምዝንቱ ተአምራት ወስግድ ለዘተሰቅለ። ኢሳ ፶፭፡፭። ፊልጵ ፪፡፩-፲። ዮሐ ፬፡፳-፳፬።	47 ካብዚ ተኣምራትዚ ዝተላዕለ ተመለሰ። ነቲ ዝተሰቐለ ውን ስገድ። ኢሳ 45፡23። ፊልጵ 2፡5-10። ዮሓ4፡20-24።
፶፰ ወሶበሂ ትቤ ምንት እማንቱ ተአምራት አነሂ እብለከ ይእዜ ምንት ውእቱ ፅንስ ዘእንበለ ዘርእ ወወሊድ እንበለ መወልዲት ወኢእንበለ ሕማም ወእንበለ ይማስን ድንግልናሃ ድንግል ኮነት ወላዲተ ወነበረት እንዘ ጎቱም ማኅተመ ድንግልናሃ።ማቴ ፩፡፲፰-፳፭። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፱።	48 ተኣምራት እንታይ እዩ እንተበልካ፡ ኣነ ውን ከምዚ ክብል እየ። ብዘይ ዘርኢ ምፅናስ እንታይ እዩ፡ ብዘይ መወለዲት ጻዕሪ ከይተሰምዐ ማኅተመ ድንግልና ውን ከየለወጠ ምውላድሲ እዩ፡ ድንግል ኣደ ኮነት፡ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ ነበረት። ማቴ 1፡18-25። ሉቃ 1፡26-39።
፶፱ ሥርቀተ ስብሐት እግዚእ ወስብሐተ መላእክት ፍርሃተ ኖሎት ሑረተ	49 ምግላጽ ናይ ጐይታና ጐይትነቱ፡ መላእኽት ምምስጋኖም፡ ሓለውቲ ከብቲ

ዘኤራቅሊስ ም. ፴፱፣ ዘሳዊርያኖስ ም. ፱

ኮከብ በካልእ ፍና ምጽአተ መሰግላን ዘምስለ አምኃ። ማቴ ፪፡፩-፲፪። መዝ ፸፪ (፸፩)፡፲። ኢሳ ፷፡፩-፷፩ ።

፱ ተአዝዞተ ባሕር ጎድአተ መዋግድ ጕየተ ነፋሳት ሐዊር ዲበ ማይ ሩፀተ ሐንካሳን ርእየተ ዕውራን ኮነኔ አጋንንት አንሥአ ሙታን። መዝ ፻፴፭(፻፴፮)፡፳። ማቴ ፲፩፡፬-፮። ማር ፬፡፴፯-፵፩።

፲፩ ውላጤ ፍጡራን ተክዞተ ሰማይ ጸልምቶተ ፀሐይ ሥጥቀተ ኰኵሕ ስጠተ መንጠላዕተ ምኵራብ ፄውዎታ ለሲኦል ክሠተተ መቃብራተ። ማቴ ፳፯፡፶፩-፶፬።

፲፪ ሚጠተ ፈያታዊ ስጠተ መጽሐፈ ዕዳ ንስተተ መኳርብት ወብዝኃታተ አብያተ ክርስቲያናት ሥርዓተ ጎሩት ሰጊድ ለመስቀል። መዝ ፻፴፪(፻፴፩)፡፯። ሉቃ ፳፫፡፴፱-፵፬። ቈላ ፪፡፲፬። ዕብ ፱፡፩-፲፩።

፲፫ ጎድግ ይእዜ ስሕተተከ ወጽራሕ ምስለ ሙሴ ነቢይ እንዘ ትብል ዝውእቱ አምላኪየ እሴብሖ አምላከ አቡየ ወአ ሌዕሎ። ዘፀአ ፲፭፡፪።ዮሐ ፭፡፵፭-፵፮። ራእ ዮሐ ፲፭፡፫።

፲፬ ለሙቱ ስብሐት ወእዘዝ ምስለ ጌር አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፱ ክፍል ፭

፩ ይቤ ቅዱስ ሳዊርያኖስ ትሩፍ ኤጲስ ቆጶስ ዘኤላ ወይእቲ አስቀሎና።

፪ ነአምን በቃል ከመ ውእቱ ተወልደ እምአብ በዘኢይትነገር ወውእቱ ቀዳማዊ ወደኀራዊ እስከ ለዓለም። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ራእ ዮሐ ፩፡፲፯-፲፰።

፫ ወዓዲ ተወልደ ለሊሁ በዲበ ምድር በደኃሪ መዋዕል እምእግዝእትነ ቅድስት

ዘኤራቅሊስ ም.49 ፡ ዘሳዊርያኖስ ም.50

ጓሶት ምፍርሀም፡ ኮኾብ ብሂሳልእ መንገዲ ምሳዱ፡ ሰብአ ሰገል ገጸ በረከት ኀዙም ምምጽኦም እንታይ እዩ፡ ማቴ 2፡1-12። መዝ 72(71)፡10። ኢሳ 60፡1-21።

50 ባሕሪ ምእዛዙ፡ ማዕበሉ ምህዳእ፡ ንፋሳት ምግታእ፡ ኣብ ልዕሊ ማይ ምሻድ፡ ሓንካሳን ከምዝጐዩን ዕዉራን ከምዝርእዩን ምግባር፡ ኣጋንንቲ ምውጻእ፡ ምውታን ምትንሣእ እንታይ እዩ፡ መዝ 146(145) ፡8። ማቴ 11፡4-6። ማር 4፡36-41።

51 ፍጡራን ምልዋጦም፡ ሰማይ ምጽልማቱ፡ ፀሐይ ብርሃኑ ምኽልኡ፡ ከውሒ ምጭዳዱ፡ መጋረጃ ምኵራብ ምትርታሩ፡ ካብ ሲኦል ነፍሳት ምውጻእ መቓብራት ምኽፋቶም እንታይ እዩ፡ ማቴ 27፡45-54።

52 ናይቲ ሽፍታ ምእማን፡ እቲ መጽሓፈ ዕዳ ምቕዳድ፡ ናይ ምኵራብ ምትራፍ ናይ ኣብያተ ክርስቲያናት ብብዝኀ ምሕናፅ፡ ናይ ለውሃት ሥራሕ ምሥራሕን ንመስቀል ምስጋድን እንታይ እዩ፡ መዝ 132(131)፡7። ሉቃ 23፡39-44። ቈላ 2፡14። ዕብ 9፡1-11።

53 ሕጂ ውን ክሕደትካ ግደፍ። እዚ ፈጣርየይ እዩ እሞ ኣመስግኖ ኣሎኹ፡ ኣምላኽ ኣቦይ እዩ ልዕል ከብሎ እየ እናበልካ ምስ ሙሴ ኣመስግን። ዘፀአ 15፡2። ዮሓ 5፡45-46 ።ራእ ዮሓ 15፡3።

54 ምስቲ ለዋህ ዝኾነ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ጐይትነት ሥልጣን ንዘለዓለም ብሓቂ ናቱ እዩ፡ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 50 ክፍሊ 1

1 ኣብ ኤላ ንሳ ድማ ኣስቀሎና ኤጲስቆጶስ ዝተሾመ ብግብርን ሃይማኖትን ፍጹም ዝኾነ ቅዱስ ሳዊርያኖስ ከምዚ በለ።

2 ብዘይምርመር ልደት ካብ አብ ከም ዝተወልደ ብኣካላዊ ቃል ንኣምን ኢና። ንዘለዓለም ዝነብር ቀዳማዊ ደኃራዊ ንሱ እዩ። ዮሓ 1፡1-14። ራእ ዮሓ 1፡17-18።

3 ዳግማይ ድማ ድኅሪ 5500 ዓመት ኣብ ምድሪ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል

ዘሳዊርያኖስ ም. ፶፥ ዘአፍሮስዮስ ም. ፶፭	ዘሳዊርያኖስ ም. 50፥ ዘአፍሮስዮስ ም. 51

ድንግል ማርያም በሥጋ ከመ ኮሉ ሰብእ ዘተወልደ በዲበ ምድር ይትወለድ ዳግመ እምአዳም ዳግማዊ ዘውእቱ እግዚአብሔር ቃል። ገላ ፬፥፬። ሮሜ ፯፥፬። ፩ቆሮ ፲፭፥፵፭-፵፯።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፶፭ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ አፍሮስዮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘአርማንያ።

፪ እመሰ ኢየአምኑ በዝንቱ ይእመኑ እንከ በቃለ ሐዋርያ ዘይቤ ወሶበ በጽሐ ተፍጻሜተ መዋዕል ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት ወገብረ በሕገ አሪት። ገላ ፬፥፬።

፫ ይቤ በእንተ ወልዱ ከመ ውእቱ አምላክ ወአኮ ውእቱ ካልእ ዘእምካልእ ወኢ፩ዱ ከመ ኮሉ ሰብእ አላ ውእቱ ባሕቲቱ ወልደ እግዚአብሔር። ማቴ ፲፮፥፫-፳። ሮሜ ፱፥፭ ። ፩ዮሐ ፭፥፱-፲፩።

፬ ወአልቦ ዘይክል ይትናገር ልደቶ እምኔሁ ወዝንተ ዘኮነ እምድኅረዝ እም ብእሲት በሥጋ ዘረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ።

፭ ወበሥጋ ኮነ እምብእሲት ወበእንተ ሥጋ ዘነሥአ ኮነ ገባሬ ሕግ ወልደቱሰ በመለኮት ውእቱ እምቅድመ ሕግ ወካዕበ ውእቱ እምድኅረ ሕግ ልደቱ በሥጋ።

ክፍል ፪

፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ አፍሮስዮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘሀገረ አርማንያ።

፯ ይብሐሙ እንከሰ ወይትገሠፁ ነባብያነ ከንቱ እምነገሮሙ በከመ ጽሑፍ እስመ መንግሥተ እግዚአብሔር አኮ ይእቲ በሥምረተ ሰብእ አላ በዘተከሥተ ኃይለ መንፈስ ። ሮሜ ፲፬፥፲፯። ፩ ቆሮ ፪፥፬-፭።

ማርያም ንሱ ብሥጋ ተወልደ። እዚ ኹሉ ኣብዚ ዓለም ዝተወልደ ኮሉ ሰብ ካብ ዳግማዊ ኣዳም ንሱ ድማ እግዚኣብሔር ቃል ካልኣይ ምእንቲ ክውለድ እዩ። ገላ 4፡4። ሮሜ 7፡4። 1ይ ቆሮ 5፡45።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 51 ክፍሊ 1

1 ናይ ኣርማንያ ርእሰ ኤጲስቆጶሳት ዝኾነ ቅዱስ ኣፍሮስዮስ ከምዚ በለ።

2 ነዚ እንተ ዘይኣመኑ፡ ነቲ 5500 ዘመን ምስ ተፈጸመ እግዚኣብሔር ንወዱ ለኣኾ ካብ ድንግል ከኣ ተወልደ ሕገ ኦሪት ውን ፈጸመ ንዝበሎ ቃል ሓዋርያ ይእመኑ ። ገላ 4፡4።

3 ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ካብ ካልእ ዝተረኽበ ካልእ ከምዘይኮነ፡ ካብ ኮሉ ሰብ ከም ሓደ ከምዘይኮነ፡ ናይ ወዱ ነገር ተዛረበ። ንሱ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወዲ እግዚኣብሔር እዩ ደኣ እምበር። ማቴ 17፡3-8። ሮሜ 9፡5። 1ይ ዮሐ5፡9-11።

4 ነቲ ካብ **ኣብ** ዝተወልዶ ልደት ክዛረብ ዝኽእል የልቦን። ምስቲ ድኅሪ 5500 ዘመን ምስኡ ሓደ ዝገበሮ ሥጋ ካብ ድንግል ዝተወልደ ንሱ እዩ።

5 ቡቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ካብ ድንግል ተወልደ። ቡቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ፈጻሚ ሕጊ ተባህለ። ብመለኮት ዝተወልዶ ልደት ሕጊ ከይተሠርዐ እዩ። ብሥጋ ዝተወልዶ ልደት ግና ሕጊ ምስ ተሠርዐ እዩ።

ክፍሊ 2

6 ናይ ሃገረ ኣርማንያ ርእሰ ኤጲስቆጶሳት እዚ ክቡር ኣቦ ኣፍሮክስዮስ ከምዚ በለ።

7 እምበኣርሲ እዞም ሓሶት ዝዛረቡ፡ ቡቲ ዘረባኦም መልሲ ይስኣኑን ይገሠፁን። ከም ዝተጻሕፈ ውን እታ ናይ እግዚኣብሔር ሕጊ ወንጌል እትንገር፡ ሃብቲ መንፈስ ቅዱስ ብዝገልጸ ምሥጢር እያ እምበር ብለባምነት ሰብ ኣይኮነትን። ሮሜ 14፡17። 1ይ ቆሮ 2፡4-5።

ዘአፍሮስዮስ ም. ፶፩ ፡ ዘዮሐንስ ም. ፶፪

ዘአፍሮስዮስ ም. 51 ፡ ዘዮሐንስ ም. 52

፳ ንትዐቀብ እንከ ወኢንክፍል መለኮተ እምሥጋ እንዘ ፩ዱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ይትነገር በክልኤቱ እስመ ቦቱ ክልኤቱ ህላዌያት ወ፩ዱ ውእቱ ባሕቲቱ ። ዮሐ ፩፡፩፮ ።

፳፩ ፩ደ ጊዜ ይትናገር ዘከመ ስብሐተ መለኮት ወ፩ደ ጊዜ ዘከመ ሕማመ ትስብእት እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ይሜህር በመለኮት ወውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ወከመ ሰብእ ይብል በእንተ ትስብእት እንዘ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬ ።

፲ ዝንቱ ውእቱ ጎብስተ ሕይወት ዘወረደ እምሰማይ ጎብስትሰ ውእቱ ሥጋሁ ዘነሥአ በከመ ይቤ በእንተ ጎብስት ዘወሀበ ለአርዳኢሁ ዝንቱ ውእቱ ሥጋየ ዘወረደ እምሰማይ ዘአንጽሐ አብ ወፈነዎ ውስተ ዓለም ወአኮ መጽሐፍ ዘይነግር ከመ መለኮት ይፈቅድ ንጽሐ አላ ይቤ በእንተ ሥጋ። ዮሐ ፮፡፭፮-፭፬።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፶፪ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ ዮሐንስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኢየሩሳሌም በሥርዓተ ኑባሬ ሃይማኖት።

፪ ነአምን በ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ዘሥሉስ ቅዱስ ዘንሰግድ ለሙ በ፩ዱ አምልኮ ዘውእቱ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።

፫ ወነአምን ከመ እሙንቱ ፫ቱ አካላት ፍጹማን በገጻት ወዕሩያን በመለኮት ወበህላዌ ወበብሉየ መዋዕልና በስብሐት ወኃይል ወበሀልዎ እንበለ ውላጤ ወዘኢየአምን ዘንተ ከመዝ ንሕነ ናወግዞ።

፬ ወበእንተ ትስብእቱ ወትሥጉቱ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ንብል እስመ እግዚአብሔር ቃል

8 እምበኣር ንተሓሎ። ንመለኮት ካብ ሥጋ ኣይንኽፈሎ። ወልደ እግዚኣብሔር ንሱ ሓደ ክኸውን ከሎ ወዲ እግዚኣብሔርን ወዲ ሰብን ተባሂሉ ይንገር። ባህርየ መለኮትን ባህርየ ትስብእትን ገንዘቡ ስለዝኾነ እዩ፡ ግን ንሱ ሓደ ጥራይ እዩ። ዮሓ 5፡27።

9 ሓንሳእ ነገረ ጐይትነቱ ይዛረብ፡ ሓንሳእ ከኣ ነገረ ሕማሙን ሞቱን ይዛረብ። እግዚኣብሔር እዩሞ ነገረ ጐይትነቱ ይምህር። እግዚኣብሔር ቃል ውን እዩ። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከሎ ሰብ ብምኻኑ ከኣ ነገረ ሰብነቱ ይዛረብ። ዮሐ 1፡1-14።

10 ካብ ሰማይ ዝወረደ ጎብስተ ሕይወት እዩ። እዚ ጎብሰቲ እዚ ኽኣ እቲ ዝወሰዶ ሥጋኡ እዩ። ብዛዕባ እቲ ንደቀ መዛሙርቱ ዝሃቦም ጎብስቲ፡ አብ ናብዚ ዓለምዚ ዝለኣኾ ዘኽበሮ ካብ ሰማይ ዝወረደ ሥጋይ እዚ እዩ ከም ዝበለ። መጽሓፍ ዝበሎ መለኮት ክብሪ ከምዝደሊ ኣይኮነን፡ ምእንቲ ሥጋ ተዛረበ ደኣ እምበር። ዮሓ 6፡27-64።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 52 ክፍሊ 1

1 ናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ ትምህርተ ሃይማኖት መጽሓፉ ከምዚ በለ።

2 ሓደ ኣምላኽ ኢልና እንሰግደሎም ሥሉስ ቅዱስ ብባህርይ ብመለኮት ሓደ ከምዝኾኑ ንኣምን። እዚኣቶም ከኣ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እዮም።

3 እዞም ሠለስተ ኣካላት ብገጽ ፍጹማን ከምዝኾኑ፡ ብሥልጣን ብባህርይ ቅድሚ ዓለም ብምንባር ሓደ ከምዝኾኑ ንኣምን። ነዚ ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ሰብ ንሕና ነውግዞ ኢና።

4 ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ድማ፡ ብቅድምና ዝነበረ ኣካላዊ ቃል እግዚኣብሔር ጐይትነት ናቱ ዝኾነ

ዘዮሐንስ ም. ፱፪	ዘዮሐንስ ም. 52
ቀዳማዊ ወልደ እግዚአብሔር መለኮታዊ በእንተ መድኃኒተ ትዝምደ እጓለ እመሕያው ተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወወጽአ እምብእሲት በከመ ይቤ ሐዋርያ። ገላ ፬፡፬። ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ሮሜ ፩፡፫-፭።	ወዲ እግዚአብሔር ምእንቲ ድኅነት ሰብ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ከምዝተወልደ ንነግር ኣሎና። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝበሎ ካብ ድንግል ተወልደ። ገላ 4፡4። ዮሓ 1፡1-18 ። ሮሜ 1፡3-5።
፭ ወሶበ ተሠገወ እምኔሃ ተዐረየ ምስሌነ ውተዐገሠ ሕማመ በእንቲአነ ዘበአማን ወአኮ በምትሐት ወደክመ በሐዊረ ፍኖት ዘከማነ ወአኮ በምትሐት። ዮሐ ፬፡፮ ።	5 ካብኣ ነፍስን ሥጋን ምስ ተዋሓደ ድማ ንኣና መሰለ። ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ምእንታና ፈትዩ መከራ ተቐበለ። መገዲ ብምሻድ ከማና ደኸመ፡ እዚ ከኣ ብሓሶት ኣይኮነን። ዮሓ 4፡6።
፮ ወሶበሂ ቀሠፍዎ ውተወክፈ ሕማመ በእንቲአነ እምጲላጦስ ተዐውቆ ሕማም ወዝብጠት ዘከማነ ወሶበሂ ፀፍዕዎ ወቀነውዎ እደዊሁ ወእገሪሁ በቅንዋት ኮነ ይትዐወቆ ሕማም ዘተወክፎ።	6 ኣብ ዝተገርፈሉ ጊዜ ውን ምእንታና ካብ ጲላጦስ መከራ ምስ ተቐበለ ከማና መከራን ግርፋትን ይስምየ ነበረ። ገጹ ምስ ጸፍዕዎ፡ ኢዱን እግሩን ብቅንዋት ምስ ሸንኮርዎ ውን ዝተቐበሎ መከራ ይስምየ ነበረ።
፯ በከመ ይቤ በእንቲአሁ ኢሳይያስ ነቢይ እስመ ውእቱ ነሥአ ደዌነ ወፆረ ሕማመነ ወውእቱ ትኩዝ በእንቲአነ ወንሕነ ርኢናሁ ድውየ ወሕሙመ ወጎሥረ ወቀሶለ በእንተ ኃጣውኢነ ውተዐገሠ ዘንተ በእንተ ጌጋየነ ወካዕበ ብእሲ ቀሶል ወሥጠ ሕማመነ ዲቤሁ። ኢሳ ፶፫፡፩-፯። ፶፡፩-፯።	7 ብዛዕባኡ ነቢይ ኢሳይያስ ከም ዝበሎ፡- ንሱ ደዌና ወሰደ፡ ሕማምና ተሸከመ፡ ንሱ ምእንታና ኃዘነ ተከዘ። ምእንታና ምጽፍዑ፡ ብማእሠርቲ ቅንዋት ኮናት ናትና ኃጢኣት ንምስትሥራይ ዝቁሰለ ኮይኑ ርኣናዮ። በደልና ንምድምሳስ ነዚ ፈትዩ ተቐበለ። ከምኡ ውን ብሸንካር ብኮናት ዝቑሰለ ሰብ ናትና መከራ ተቐበለ በለ። ኢሳ 53፡1-7። 50፡5-8 ።
፰ ወካዕበ ንሰምየ ለጳውሎስ እንዘ ይብል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሊቀ ካህናቲነ ወይክል ይሕምም ሕማመነ ወተመከረ ከማነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ። ዕብ ፬፡፲፭-፲፮።	8 ከምኡ ውን ንሱ ኣተዓራቒና ከምዝኾነ፡ ናትና መከራ ክቕበል ከምዝኽእል፡ ብዘይካ ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሕ ከማና ከምዝተፈተነ ብዛዕባኡ ቅዱስ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ንሰምየ። ዕብ 4፡14-16።
፱ ወንትአመን ከመ ውእቱ ነሥአ ነፍሰ ነባቢተ ወካዕበ ተዐገሠ ሕማመ ነፍሳቲነ እሙነ ዘውእቱ ሁከት ወትካዝ ወኃዘነ ልብ ወዮሐንስኒ ወንጌላዊ ነገረነ በእንቲአሁ ወዘከረ ከመ ውእቱ ይቤ ተከዘት ነፍስየ እስከ ለሞት ወዓዲ ጽሑፍ ውስተ ወንጌለ ማርቆስ ከመ ውእቱ አኀዘ ይጎዝን ወይተክዝ። ማር ፲፬፡፴፬-፴፮። ዮሐ ፲፪፡፳፯።	9 ምእንታና ብዝሓመሞ ሕማም፡ ነፍስና እትመስል ነባቢት ነፍሲ ከምዝተዋሓደ ንኣምን ከምኡ ውን ንሕማም ነፍስና ብሓቂ ፈትዩ ከምዝተቐበለ ንኣምን። እዚ ኸኣ ሁከት ትካዝ ኃዘን ልቢ እዩ። ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን ብዛዕባኡ ነገረና፡- ንሱ ነፍሰይ ካብ ሥጋይ ክሳዕ ምፍላይ በጺሓ ተከዘት እናበለ ኣረድኣና። ከምኡ ውን ከምዝኃዘነን ከምዝተከዘን ኣብ ወንጌለ ማርቆስ ተጻሒፉ ኣሎ። ማር 14፡34-36። ዮሓ 12፡27።

ዘዮሐንስ ም. ፱፪	ዘዮሐንስ ም. 52
፲ ወበዝ ንትአመን እስመ በሕማመ ሥጋ ሐመ እሙነ ወአኮ በምትሐት ወእለሰ ይብሉ በእንቲአሁ ኢሐመ ሶበ ቀሠፍዎ ወኢደክመ ከመ ሶበ ሰቀልዎ ወኢረከበ ሕማም በጊዜ ቀነውዎ በቅንዋት ንሕነ ናወግዞሙ ከመ ዐላውያን።	10 ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ሕማም ሥጋ ከምዝሓመመ በዚ ንኣምን። ክግረፍ ከሎ ኣይተሰምየን፡ ክስቀል ከሎ ውን ኣይደኸመን፡ ብቅንዋት ክሽንክርዎ ከለዉ ውን ሕማም ኣይበጽሓን ኢሎም ብዛዕ ባኡ ዝዛረቡ ግና መናፍቓን ስለዝኾኑ ንሕና ነውግዞም።
፲፩ ንሕነሰ ነአምን ከመ ውእቱ ሐመ ወሞተ በሥጋበእንተ ኃጣውኢነ ወገነዙ ሥጋሁ ሶበ ተፈልጠ እምነ ነፍሱ ወእሙነ ተንሥአ እምነ ሙታን ወእም ድኅረ ትንሣኤሁ በልዐ እሙነ ወዐርገ ውስተ ሰማያት። ሉቃ ፳፬፡፳፮-፶፫ ።	11 ንሕናስ ኃጢኣትና ንምስትሥራይ ብሥጋ ከም ዝሓመመን ከምዝሞተን፡ ካብ ነፍሱ ምስተፈልየ ውን ሥጋኡ ከምዝገነዝዎ፡ ካብ ምውታን ተፈልዩ ብሓቂ ከምዝ ተንሥአ፡ ድኅሪ ትንሣኤኡ ድማ ብሓቂ ከምዝበልዐ ናብ ሰማይ ውን ከምዝዓረገ ንኣምን ኢና። ሉቃ 24፡28-53።
፲፪ ወለሊሁ ይመጽእ ድኅረ በዓለም ዘይመጽእ ከመ ይኰንን ሕያዋነ ወመዉታነ ወያነሥኦሙ ለኵሎሙ ዘመደ እንለ እመሕያው እምነ ምውታን በሥጋሆሙ በውእቱ ህላዌ ሥጋ ዘሞቱ ቦቱ ወተቀብሩ ወይሄልዉ ዘልፈ እምድኅረ ትንሣኤእንበለ ሙስና በከመ ለሊሁ ተንሥአ እምውታን በዝንቱ ሥጋ ዘሞተ ቦቱ ወተገንዘ። ፩ተሰሎ ፬፡፲፫-፲፰። ራእ ዮሐ ፳፡፲፩-፲፭። ማቴ ፳፭፡፴፩-፵፮ ።	12 ደኃር ውን ንሱ ኣብ ዝመጽእ ዓለም ንሕያዋን ሙታንን ኪፈርድ ክመጽእ እዩ፡ ኵሎም ወገን ሰብ ቡቲ ዝሞትሉን ዝተቐብሩሉን ሥጋ ካብ ሞት ከተንሥኦም እዩ። ድኅሪ ትንሣኤ ኸኣ ብዘይ ምልዋጥ ኮል ሳዕ ይነብሩ። ከምቲ ንሱ ቡቲ ዝሞተሉን ዝተቐብረሉን ዝተገንዘሉን ሥጋ ካብ ሞት ኣቐዲሙ ከምዝተንሥኣ እዩ። 1ይ ተሰ 4፡13-18። ራእ ዮሓ 20፡11-15። ማቴ 25፡31-46።
፲፫ ወካዕበ ነአምን እስመ ሶበ ፈጠረ እንለ እመሕያው ፈጠሮሙ ኅቡራነ ነፍስ ዘኢታስተርኢ ወሥጋ ዘይትቄከፍ ደቂያተ ፈጠሮሙ እንበለ ኃጢኣት ወዘእንበለ ውላጤ ዘከመ ኮነ አዳም ውስተ ገነት እምቅድመ ይዕሉ ትእዛዘ እግዚአብሔር። ዘፍ ፩፡፳፮ ።	13 ከምኡ ውን ባህርየ ሰብ ኣብ ዝፈጠረሉ ጊዜ፡ ካብ ዘይትረአ ነፍስን ካብ መከራ ዝቐበል ሥጋን ኣዋሓሕዱ ከምዝፈጠሮም ንኣምን። ኃጢኣት ዘይብሎም፡ ምልዋጥ ዘይረክቦም ጌሩ ፈጠሮ። እዚ ኸኣ ከምቲ ኣዳም ቅድም ትእዛዝ እግዚኣብሔር ከየፍረሰ ኣብ ገነት ዝነበሮ እዩ። ዘፍጥ 1፡26።
፲፬ በከመ ይቤ ሰሎሞን ቤተ ክርስቲያናዊ ውስተ መጽሐፉ እስመ እግዚአብሔር ገብሮ ለእንለ እመሕያው ርቱዐ ወገብረ ህላዌሁ ከሃሌ። ጥበ ሰሎ ፪፡፳፫።	14 ወገን ምእመን ዝኾነ ሰሎሞን፡- እግዚኣብሔር ንሰብ ፈላጥ ጌሩ፡ ባህሪኡ ውን ኵሉ ከም ዝኽእል ጌሩ ፈጠሮ ከምዝበለ። ጥበ ሰሎ 2፡23።
፲፭ ይብል ዘንተ ከመ ቦቱ ሥልጣን በርእሱ ባሕቲቱ ይክል ያቅም ትሩፋተ በፃማ እንዘ ይመርሕዎ ዐሠረ ረድኤት ወጸጋ እምኀበ እግዚአብሔር።	15 ካብ እግዚኣብሔር ዝርከቡ ጸጋን ረድኤትን ንመንገዱ እናመርሕዎ፡ ብድኻም ትሩፋት ንኽሠርሕ ዘኽእለሙ ብርእሱ በይኑ ሥልጣን ከምዘለዎ ተዛረበ።

ዘዮሐንስ ም. ፶፪

፲፮ አኮ ውእቱ ኢተወከፈ እከይ ወዳእሙ አኮ በግብር አላ በሕሊና እንተ ትትሀከይ።

፲፯ ወለእመ ኢኮነ መኑሂ እንበለ ኃጢአት አኮ ውእቱ ህላዌ ዘይትዌለጥ ለተወክፎ እከይ በከመ ንቤ ቅድመ ወኢይደሉ ትትጐለቍ ኃጢአት ኀበ ህላዌ አላ ኀበ ሕሊና።

፲፰ ወኢይትከሀል የሀሉ ሰብእ እንበለ ኃጢአት ወፈድፋደሰ እንተ ትከውን እምሕሊና እስመ ሕሊናሁ ለሰብእ ይትወላወል እምጊዜ ልደቱ እስከ ዕለተ ሞቱ። ሮሜ ፰፡፭-፱። ያዕ ፩፡፲፫-፲፯።

፲፱ ወለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሎቱ ለባሕቲቱ ኮንዎ ስምዐ መጻሕፍተ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ እንበለ ኃጢአት ወኢተረከበ ሐሰት ውስተ አፉሁ ። ኢሳ ፶፫፡፱፡ ዮሐ ፰፡፵፮። ፪ቆሮ ፭፡፳፩። ፩ጴጥ ፪፡፳፪ ።

፳ ወለሰብእሰ በተጠናቅቆ ወበጸሕቅ ወበፃማ ይደልዎ ያቅም ትሩፋተ በረድኤተ እግዚአብሔር ወኮኑ ዘየኀብር ምስሌነ በዝንቱ ሃይማኖት ዘጸሐፍነ ሱታፌነ ውእቱ ወዘሰ ኢየኀብር ምስሌነ ወያወሥእ ካልአ እምዘጸሐፍነ ፍሉጥ ውእቱ እምሱታፌነ ። ማር ፱፡፵። ፩ዮሐ ፩፡፯። ፪ዮሐ ፩፡፲-፲፪። ገላ ፩፡፱።

፳፩ ወበከመ እሄሊ እስመ ትምህርቶሙ ለቀደምት ኤጲስቆጶሳት ቅዱሳን ርቱዓነ ሃይማኖት ይነግር ከመ እሙንቱ ወፅኡ በፃሕቅ ለአርትዖ ሃይማኖት።

፳፪ ወንለቡ ነገሮሙ ከንቶ ለዐላውያን ዘየሀውክ ጥቀ ድቀተ ዓቢየ ወጎፍረተ ወጎሣረ ወመተርዎሙ ለኮሎሙ በአሐቲ ጊዜ በትእዛዘ ጽድቅ። ማቴ ፲፰፡፲፯-፳። ፩ቆሮ ፭፡፬-፮።

ዘዮሐንስ ም. 52

16 ኃጢኣት ዘይሰማምየ አይኮነን። ግና ብግዴታ አይኮነን። ንትሩፋት ሸለል ብእትብል ሕሊና እዩ ደኣ እምበር።

17 ማንም ዝኾነ ኃጢኣት ዘይብሉ እኳ እንተዘይኾነ፡ ኃጢኣት ንምሥራሕ ባህርይ ዝልወጥ አይኮነን።አቐዲምና ከምዝበልናዮ ኃጢኣት ናይ ሕሊና እምበር ናይ ባህርይ እያ ምባል አይግባእን።

18 ሰብ ውን ብዘይ ኃጢኣት ክነብር አይክእልን እዩ። ብዝያዳ ኽኣ ካብ ሕሊና ኃጢኣት ንጹሕ የልቦን። ሕሊና ሰብ ካብታ ዝተወልደላ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳዕ እታ ዝሞተላ መዓልቲ ከውርድ ከደይብ እዩ ዝነብር። ሮሜ 8፡6-9። ያዕ 1፡13-17።

19 ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ንሱ ጥራይ በይኑ ኃጢኣት ዘይብሉ ከምዝኾነ፡ ሓሶት ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ እቶም እግዚአብሔር ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ መስኪሮሙሉ እዮም። ኢሳ 53፡9። ዮሓ 8፡46። 2ይ ጴጥ 5፡21። 1ይ ጴጥ 2፡22።

20 ሰብ ግና ተጠንቂቑ ተጊሁ ደኺሙ ብረድኤት እግዚአብሔር ትሩፋት ክሠርሕ ይግባእ። በዚ ንሕና ዝበልናዮ ሃይማኖት ምሳና ዘይተሓባበር፡ ካብዚ ዝጸሓፍናዮ ውን ካልእ ሃይማኖት ዝዛረብ ግና ካብ ሓድነትና ዝተፈልየ እዩ። ማር 9፡40። 1ይ ዮሓ 1፡7። 2ይ ዮሓ 1፡10-12። ገላ 1፡9።

21 ኣነ ከምዝሓስቦ፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ኢሎም ዝኣምኑ ቀዳሞት ኤጲስ ቆጶሳት፡ ተጊሆም ሃይማኖት ንምጽናዕ ከምዝወጹ እቲ ትምህርቶም ይዛረብ።

22 ነቲ ዓቢይ ጎፍረትን ውድቀትን ውርደትን ኣብዚኑ ዘምጽእ ናይ መናፍቓን ከንቱ ነገሮም ንፈልጦ ኢና። ንኮሎም ውን ብትእዛዝ ወንጌል ሓንሳእ ኣውጊዞም ፈለይዎም። ማቴ 18፡17-20። 1ይ ቆሮ 5፡4-6።

ዘዮሐንስ ም. ፶፪	ዘዮሐንስ ም. 52
፭፫ ወርስዓት ውእቱ ከመ ይትበህል እስመ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ክልኤ ህላዌ ወለእሉሂ አውገዝዎሙ ለእለ ተህበሉ ወተአምኑ በዝንቱ ርስ ዓት እስመ እግዚአብሔር ቃል ዘዕሩይ ምስለ አቡሁ ኮነ ሰብአ ዕሩየ ምስለ ሰብእ በሥጋ ዘእንበለ ውላጤ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ ወዓዲመ ህልው ውእቱ ዘልፉ በዘዚአሁ ወእለ ኢየአምኑ ዘንተ ፍሉጣን እሙንቱ እምተስፋ ክርስቶሳውያን ከመ ተረፈ ዐላውያን።	23 ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ክልተ ባህርይ ምባልስ ክሕደት እዩ። ደቈሮም በዚ ክሕደትዚ ንዝኣምኑ ውን ኣውጊዞም ፈለይዎም። ምስ ኣቦኡ ሓደ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ንኣና ንምድኃን ብዳጎራይ ዘመን ብዘይ ምልዋጥ ብሥጋ ምስ ሰብ ሓደ ዝኸውን ሰብ ኮይኑ እዩ። ሰብ እኳ እንተኾነ ብባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር። ነዚ ዘይኣምኑ ግና ደቂ ዐላውያን ብምኻኖም ካብ ተስፋ ክርስቲያን ዝተፈልዩ እዮም።
፭፬ ወበእንተሰ ሥምረተ ርቱዓነ አልባብ ዲበ መሠረተ ኮኵሐ ሃይማኖት ርትዕት እንተ ኢትሠጠቅ ወትዕይርቶሙሂ ውነሣሮሙ ለዐላውያን እለ ዘከርናሆሙ ቀዲሙ ዘበጽድቅ ትከውን ስምዐ መጽሐፈ ብሊት እንተ ይእቲ ትእዛዝ ቅድስት ቃለ እግዚአብሔር ወትርጓሜሆሙ ለአበዊነ ቅዱሳን እለ ረከብነ በጎቤሆሙ ኮኖኔሆሙ ለዐላውያን እለ ዘከርናሆሙ ቀዲሙ። ዘፀአ ፳፡፩-፮። ሮሜ ፯፡፲፪።	24 ኣብ ልዕሊ መሠረት እዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ልቦናኣም ዘትረሱ፡ ትምህርቲ ኣቦታትና ዘይትልወጥ ስለዝኾነት፡ ብዛዕባ ኣቐዲምና ዝዘከርናዮም ዓላውያን ጸርፎምን ውርደቶምን መጽሓፈ ኦሪት ብሓቂ ትምስክር እያ። እዚኣ ኸኣ እግዚአብሔር ተዛሪቡ ዘጽሓፋ ዝኸበረት ሕጊ እያ። ኣቐዲምና ዝዘከርናዮም ዓላውያን ውን ምቕጽያም ዝረኸብናሎም መጽሓፍ ናይ ቅዱሳን ኣቦታትና ውን ትምስክር እያ። ዘፀአ 20፡1-6። ሮሜ 7፡12።
፭፭ ወንሕነሰ ንዕቀብ ዘበርቱዕ ሃይማኖተ ርትዕተ እንበለ ጽነት ወብፅዕተ እንተ መጠውዋ ለነ አጋዕዝቲነ ሐዋርያት ቅዱሳን ወአበዊነ ብፁዓን መምህራን። ፩ቆሮ ፲፪፡፳፰። ፩ዮሐ ፭፡፩-፲። ፪ ጴጥ ፩፡፲፩-፲፳	25 ንሕናስ እቶም ቅዱሳን ጐይቶትና ሓዋርያትን ብፁዓን መምህራን ኣቦታትናን ዝመሃሩና፡ ነታ ዝተመስገነት ጽነት ዘይብላ ቅንዕቲ ሃይማኖት ብዝግባእ ኣጽኒዕና ንኃዝ። 1ይ ቆሮ 12፡28። 1ይ ዮሓ 5፡1-10። 2ይ ጴጥ 1፡16-18 ።
፭፮ ሶበሰ ይትዌከፉ እለ ዐለዉ ወወድቁ ወክሕድዎ ለእግዚእ ወተመይጡ ዳግመ ኀበ እግዚእ በተአምኖ በከመ ይቤ ነቢይ ወያውኀዙ አንብዐ ንስሐ ይድኅኑ እንከ። ኢዩ ፪፡፲፪-፲፬። መዝ ፶፩(፶)፡፩-፲።	26 እዞም ሃይማኖት ዝለወጡ፡ ብክሕደት ዝተታኀዙ፡ ንጐይታ ውን ዝኸሓዱ ሃይማኖት እንተዝቕበሉ እሞ ከምቲ ነቢይ ዝበሎ ኃጢኣቶም ተኣሚኖም ዳግማይ ናብ ጐይታ እንተተመልሱ ንብዓት ንስሓ ውን እንተፍሰሱ ፈጺሞም ይድኅኑ እዮም። ኢዩ 2፡12-14። መዝ 51(50)፡ 1-13።
፭፯ ወእግዚአብሔር መፍቀሬ ሰብእ ይትሜገሥ በዅሉ ጊዜ ወይሰፍሕ እዴሁ ወይጼውየሙ ለእለ ተግኀሡ እምኔሁ ኀበ ንስሐ በከመ ይቤ በአፈ ኤርምያስ ነቢይ ሶበ ጸውየሙ ኀቤሁ	27 ፈታዊ ሰብ እግዚአብሔር ብኵሉ ጊዜ ይዕገሥ እየ እሞ ነቶም ብኃጢኣት ብክሕደት ካብኡ ንዝተፈልዩ ኢድ ምሕረቱ ዘርጊሑ ናብ ንስሓ ይጽውየም። ናብኡ ምስ ጸውየም ውን ኣቱም ካብ

ዘዮሐንስ ም. ፱፪	ዘዮሐንስ ም. 52
እንዘ ይብል ተመየጡ ኦ ደቂቅ እለ ርኅቅሙ እምእግዚአብሔር ወአነ አቀ ውም ቅጥቃጤክሙ።ኤር ፫፥፲፬- ፳፪።	እግዚአብሔር ዝተፈለኹም ደቂ ተመለሱ ኣነ ውን መከራኹም ከርኅቕልኩም እየ፡ ክብል ብቓል ነቢይ ኤርምያስ ከምዝተዛረበ። ኤር 3፡14-22።
፳፰ ወካዕበ ይቤ ተመየጡ እለ ትትአመኑ ምክረ ኅብዕተ እንተ ተዐሉ ሕገ ወትክሉ አትክልተ ሐዲሳነ ወኢትዝርኡ ላዕለ አሥዋክ ከመ ኢይፃዕ መዓትየ ወይነድድ ወኢይጠፍእ እንክ አልቦኑ በውስተ ገለዓድ መሠርይ ወኢ በውእቱ መካን ጠቢብ ወለምንትኑ ኢየዐርግ ፈውሳ ለወለተ ሕዝብየ ወዓዲ በከመ ይቤ በአፈ አውሴ ነቢይ ተመየጥ እስራኤል ኀበ እግዚአብሔር አምላክከ ። ኤር ፰፡፳፪። ሆሴ ፲፬፡፪ ።	28 ከምኡ ውን ኣቱም ነታ ሕጊ እትልውጥ ዝተሠወረት ምኽሪ እትኣምኑ ተመለሱ፡ ሓድሽ ተኽሊ ትኽሉ። ኣብ ልዕሊ እኾኽ ኣይትዝርኡ፡ ብጣዖት ኣይተምልኹ፡ ትሩፋት ሥርሑ፡ ብቂምታ ኣይትጸልዩ፡ ንከይፍረደኩም፡ ፍርዲ ክግበር እዩ፡ ከየጥፍኣ ከኣ ኣይተርፍን እዩ ኢሉ ከምዝተዛረበ። ኣብ ገለዓድ ናይ ግብሪ ጥበበኛ፡ ኣብዛ ቦታዚኣ ናይ ሃይማኖት ፈላጥ የልቦን ድዩ፡ ንጓል ሕዝበይሲ ስለምንታይ ድኅነታ ኣይግበረላን፡ ኢሉ ከምዝተዛረበ። ከምኡ ውን ኣብ ነቢይ ሆሴዕ ኃዲሩ እስራኤል ናብ ፈጣሪኻ እግዚአብሔር ተመለስ ከም ዝበለ። ኤር 8፡22። ሆሴ 14፡2።
፳፱ ወጴጥሮስሂ ሐዋርያ ያዜክር ለእለ አበሱ ወሰቀልዎ እግዚእነ ወይቤሎሙ ነጽሑ ወተመየጡ ኀበ እግዚእ ከመ ይደምሰስ ጌጋየክሙ ወትምጻእክሙ መዋዕል ሠናይት እምቅድመ እግዚእ። ግብ ሐዋ ፪፡፴፰። ፫፡፲፱።	29 ሓዋርያ ጴጥሮስ ውን ነቶም ዝበደሉን ንጐይታ ዝሰቐሉን ንስሓ ይምህር። ኃጢኣትኩም ክድምሰሰልኩምን ካብ ጐይታ ውን ሠናይ ክብሪ ኝኽትረኽቡን ጽቡቕ ኣይገበርናን ኢልኩም ናብ እግዚአብሔር ተመለሱ በሎም። ግብ ሓዋ 2፡38። 3፡19።
፴ ወጳውሎስሂ ሐዋርያ ዘውእቱ ዐራቂ አምሳሊሁ ለክርስቶስ ይስእል እንዘ ይብል አነ እስአለክሙ በክርስቶስ ከመ ትትመየጡ ወታሥምርዎ ለእግዚአ ብሔር እስመ ዘኢየአምር ኃጢኣተ ረሰየ ርእሶ ኃጥአ በእንቲአነ ከመ ንኩን ንሕነ ጻድቃን ለእግዚአብሔር ቦቱ ወውእቱ ይሳተፈነ በምግባር። ፪ቆሮ ፭፡፲፱-፳፩።	30 ንክርስቶስ መሲሉ ንሰብ ምስ እግዚአብሔር ዝዓርቕ ሓዋርያ ጳውሎስ ውን፡ ተመሊስኩም ንእግዚአብሔር ምእንቲ ኩተሐጉስዎ ብክርስቶስ ኣሚነ ኣነ እልምነኩም ኣሎኹ እናበለ የማልድ። ብናቱ ኃጢኣተኛ ምባል ንሕና መኅደሪ እግዚአብሔር ንምኻን፡ ጻድቃን ምእንቲ ክንበሃል ንሱ ኃጢኣት ዘይብሉ ክንሱ ባዕሉ ርእሱ ኃጥእ ኣበለ። ንሱ ውን ብሥራሕ ይመስለና።2ይ ቆሮ 5፡19-21።
፴፩ ንስእለክሙ ከመ ኢትንሥኡ ጸጋ እግዚአብሔር በከንቱ እስመ ዝንቱ መዋዕል ድልው ውእቱ ለዘይፈቅድ ንስሐ ወይትአመኖ ለእግዚአብሔር በአንብዕ። መዝ ፶፩(፶)፡፩-፬። ሮሜ ፫፡፪-፱። ፪ቆሮ ፮፡፩።	31 ጸጋ እግዚአብሔር ብኽንቱ ከይትቕበሉ ንምዕደኩም ኣሎና። ንስሓ ንዝደልን ንእግዚኣብሔር ብንብዓት ጽቡቕ ኣይገበርኩን ንዝብሎን እዚ ዘመንዚ ድልው እዩ። መዝ 51(50)፡1-4። ሮሜ 3፡2-9። 2ይ ቆሮ 6፡1።
፴፪ መኑ ውእቱ ዘኢይትአመኖ ለእግዚ አብሔር እምዐላውያን በውስተ ሲኦል	32 ካብ ዓላውያን ስለታ ዝበደለት ነፍሱ ኣብ መቓብር ኮይኑ ንእግዚአብሔር

ዘዮሐንስ ም. ፶፪ ፥ ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘዮሐንስ ም. 52 ፥ ዘቴዎዶጦስ ም. 53
በእንተ ዕልወታ ለነፍሱ ወአልቦ ህየ መኑሂ አላ ናሁ ወፅአ ኮነኔሁ ለእግዚአብሔር ላዕለ ኮሉ ዘይመውት እንዘ ህልው በዕልወቱ። መዝ ፮፥፭። ሉቃ ፲፮፥፲፱-፴፩።	ጽቡቕ ኣይገበርኩን ዝብሎ መን እዩ፡ ኣብ መቓብር ጽቡቕ ኣይገበርኩን ኢሉ ዝድጎንስ የልቦን! ምስ ኃጢኣቱ ከሎ ዝመውት ኮሉ ሰብ፡ እንሆ ቀኒጹ ፍርዲ እግዚአብሔር ተፈሪድዎ እዩ። መዝ 6፡5። ሉቃ 16፡19-31።
፴፫ ወይርአዩ ኮሉ ሰብእ በአልባቢሆሙ እልክተ እለ ዕዌሆሙ ዘኢይነውም ወእሳቶሙ ዘኢይጠፍእ ወይኩን ኮሉ ዘሥጋ ይርአይ እሎንተ እለ ኢይፈቅዱ ንስሐ ወይትመየጡ ኀበ እግዚአብሔር ዘተሣየጠሙ በደሙ ባሕቲቱ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚአብሔር ዘውእቱ አምላከ ጽድቅ ወሕይወት ዘለዓለም በከመ ይቤ ዮሐንስ። መዝ ፶፪(፶፩)፥፭-፮። ማር ፱፥፵፬። ፩ጴጥ ፩፥፲፯-፳።፩ዮሐ ፭፥፳።	33 ኮሎም ሰባት ነቶም ሓሸኻኦም ዘይድቅስ እሳቶም ዘይጠፍእ ነዚኣቶም ብልቡናኦም የስተውዕሉ። ኮሎም እቶም ሥጋውያን ደማውያን ሰባት ነቶም ንክንስሑ ኮነ ናብቲ ብደሙ በይኑ ዘድጎኖም እግዚአብሔር ኢየሱስ ክርስቶስ ኻኽምለሱ ዘይፈትዉ ንኣታቶም ይርኣዩ። ዮሐንስ ከምዝበሎ ንሱ ድማ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ናይ ዘለዓለም ሕይወት እዩ። መዝ 53(52)፡1-5። ማር 9፡44። 1ይ ጴጥ 1፡17-20። 1ይ ዮሐ 5፡20።
፴፬ ወበከመ አቅደምነ ወንቤ ይደልወነ ንቅድም ወናሥምር አልባቢነ ኮልነ እምነ መጻሕፍት ቅዱሳት በቃለ እግዚአብሔር ከመ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ እግዚእ ውእቱ እምቀዲሙ ወእስከ ለዓለም ወኮነ ሰብእ ዘበአማን እንዘ ህልዉ በህላዌ መለኮቱ ከመ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ።ፊልጵ ፪፥፲፩።	34 ንሕና ውን ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ፡- ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳዕ ዘለዓለም ሓደ ናይ ባህርይ ገዛኢ ከምዝኾነ፡ ከም ኣብን ከም መንፈስ ቅዱስን ብባህርየ መለኮቱ ከሎ ብሓቂ ሰብ ከምዝኾነ፡ በቶም እግዚኣብሔር ዘጽሓፎም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኮላትና ንሕግና ኣቐዲምና ኽንርዳእ ይግብኣና። ፊል 2፡11
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፫ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 53 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ቴዎዶጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘዕንቁራ ውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ልደቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አመ ፷ወ፱ ለወርኃ ታኅሣሥ።	1 ናይ ዕንቁራ ኤጲስቆጶስ ቴዎዶጦስ፡ ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዕለት 29 ወርጒ ታኅሣሥ ምውላዱ ኣብ ዝተዛረበሉ ዓንቀጽ ከምዚ በለ።
፪ ንብል በእንተ ህላዌ መለኮት እስመ እግዚአብሔር ዘኢይትረከብ በሕሊና እንለ እመሕየው እስመ ሕሊና እንለ እመሕየው ኢይረክብ መለኮተ ወህላዌ መለኮት ርጉቅ እምሕሊና እንለ እመሕየው ወይትሌዐል ኮሎ ሕሊናተ ፈድፋደ ።ኢሳ ፶፭፥፱ ።	2 እግዚኣብሔር ብሕሊና ሰብ ከም ዘይምርመር ብዛዕባ ባህርየ መለኮቱ ንዛረብ። ሕሊና ሰብ ንመለኮት መርሚሩ ኣይፈልጠን እዩሞ፡ ባህርየ መለኮት ውን ብሕሊና ሰብ ካብ ምምርማር ዝረንቐ እዩ። ካብ ኮሉ ሕሊናት ውን ፈጺሙ ዝረንቐ እዩ። ኢሳ 55፡9።
፫ ወካዕበ ይእዜ አስተርአየ እግዚአብሔር ዮም እምቅድስት ድንግል ወነበረት	3 ከምኡ ውን ሎሚ እግዚኣብሔር ካብ ቅድስት ድንግል ተወሊዱ ተራእየ። እታ

ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘቴዎዶጦስ ም. 53
ድንግል በድንግልናሃ ከመ ቀዳሚ ወኮነት እመ ወዘያማስን ሕይወተ ኢገብረ ሙስና ወዘይሁብ ሕይወተ ኢያማሰነ ወኢምንተኒ። ዘፍ ፫፡፲፭-፲፮ ። ዘዳግ ፴፪፡፴፱ ።	ድንግል ውን ከም ቀደማ ብድንግልናኣ ጸኒዓ ነበረት። ኣደ ውን ተባህለት። እቲ ሕይወት ዝልውጥ ንሱ ኣብ ድንግል ተፈትሖ ማኅፀን ኣየምጽእን። ሕይወት ዝህብ ንሱ ብድንግልና ምውላድ ምንም ዝኾነ ኣየትረፈን በለ። ዘፍጥ 3፡15-16። ዘዳ 32፡39።
፬ ወካዕበ ይቤ እፎኑመ ትሴአለኒ እንዘ ትብል ቦኑ ይትከሀል ይኩን ቃል ሰብአ ወተሰአል በእንተ አምሳለ ተአምራቲሁ ለእግዚአብሔር።	4 ናይ እግዚኣብሔር ነገረ ተኣምራቱ ደኣ መርምር እምበር፡ ብሓቂ ኣካላዊ ቃል ሰብ ክኸውን ይከኣል ዲዩ፡ ኢልካ ንምንታይ ተሓተኒ ኣሎኻ፡ በለ።
፭ ወለእመሰ ኢይትረከብ በነገር ይደልወነ ናእምሮ ምንት ውእቱ መንክር አላ ውእቱ ግብረ ህላዌሁ ወእመሰ ለሊሁ መንክር ወዘኒ ኮነ ህልው ውእቱ ኮሎ አሚረ ጎድግ ነገረ ለገባሬ መንክራት እግዚአ ኮሉ ፍጥረት። መዝ ፺፫(፺፪)፡፩-፭።	5 ተመርሚሩ ዘይፍለጥ ካብ ኮነስ ዘይም ምርማሩ ምፍላጥ ይግባእ። ድንቂ እንታይ እዩ፡ ናይ ባህሪኡ ሥራሕ እዩ እምበር። ድንቂ ንሱ ካብ ኮነ ደኣ፡ እቲ ድንቂ ዝኾነ ንሱ ውን ኮሉ ጊዜ ድንቂ ብምባል ዝነብር ካብ ኮነ፡ እቲ ፍልጠት ነቲ ድንቂ ድንቂ ዝሠርሕ ገዛኢ ኮሉ ፍጥረት ንእኡ ጎደነ።መዝ 93(92)፡1-5።
፮ ወካዕበ ይቤ ምንት ውእቱ ዘእብል እስመ ዋሕድ ይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ወእሙንቱሰ ይፈቅዱ ይፍልጡ ፩ደ ህላዌ ዘለኑቱ ምስለ አብ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰። ፫፡፲፮-፲፱።	6 ከምኡ ውን ከምዚ በለ፡- እንታይ ይብል ኣሎኹ፡ ወዲ እግዚኣብሔር ሓደ እዩ ዝበሃል። ንሳቶም ግና ነቲ ምስ **አብ** ሓደ ባህርይ ዘለዎ ንእኡ ክፈልይዎ ይፈትዉ። ዮሓ 1፡1-18። 3፡16-19።
፯ ወለከሂ ወልድከ ኮነከ ወልደ እም፩ዱ ህላዌ ዚአከ ወዝንቱ ነገር ይከሥት ለከ ዘንተ ፩ደ ህላዌ ዘአብ ወወልድ ወንብል ከመ ውእቱ ወልደ አብ ዋሕድ ዘተወልደ እምኔሁ። ዮሐ ፲፡፴።	7 ንኣኻ ውን እቲ ወድኻ ካብ ሓደ ናትካ ባህርይ ተረኺቡ ወድኻ ይበሃል። እዚ ኸኣ ነቲ ናይ **አብን** ናይ ወልድን ሓደ ባህርይ ይገልጸልና። ንሱ ካብ **አብ** ዝተወልደ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ ክንዛረብ ኢና። ዮሓ 10፡30።
፰ ወካዕበ ይቤ ባሕቱ እመሰ ኮነ ብእሲ አበ ክሡት ነገሩ ከመ የዓቢ አብ እምወልዱ ወስምሂ ያጤይቅ ከመ ውእቱ እምቅድመ ወልዱ።	8 ከምኡ ውን ከምዚ በለ፡- እቲ ሰብ ኣቦ እንተኾይኑ እዚ ኣቦዚ ካብ ወዱ ከምዝቕድም ነገሩ ፍሉጥ እዩ። ኣቦ ምባሉ ባዕሉ ውን ቅድሚ ወዱ ከም ዝነበረ የረድእ።
፱ ወለነሰ ኢይደልወነ ነሐሊ ዘንተ በህላዌ መለኮት አላ ነአምን በወልድ ዋሕድ ከመ ውእቱ ቀዳማዊ ምስለ አብ በኵሉ ዘመን ። ዮሐ ፩፡፩-፬።	9 ንሕና ግና ኣብ ባህርየ መለኮት ምቕድዳም ኣሎ ኢልና ነዚ ክንዛረብ ኣይግባእን። ምስ **አብ** ብኵሉ ዘመኑ ብቕድምና ከም ዝነበረ ብወልድ ዋሕድ ንኣምን ደኣ እምበር። ዮሓ 1፡1-4።
፲ ወወልደ አብ ዋሕድ ይሰመይ ብርሃነ እስመ ብርሃን ዘተወልደ እምብርሃን ኢይትበሀል ተወልደ እምድኅረ ብርሃን	10 ናይ ኣብ ሓደ ወልድ ብርሃን ይበሃል፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን እዩ። ድኅሪ ብርሃን ዝተረኽበ እዩ ኣይብሃልን።

ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘቴዎዶጦስ ም. 53
አላ በጊዜ ዘኮነ ቦቱ ውእቱ ብርሃን ይትረከብ ብርሃን ዘተወልደ እምኔሁ ወህልው ወትረ ምስሌሁ ወብርሃንሂ ያጤይቀከ አምሳሊሁ ለወልድ ወዝንቱ ህልው ምስለ አብ በኵሉ ጊዜ እምቅድመ ኵሉ ዓለም። መዝ ፬፡፮። ዮሐ ፩፡፩-፱። ፲፡፲፪። ፲፩፡፱።	እቲ ብርሃን ምስ ተረኽበ ካብኡ ዝተወልደ ብርሃን ይርከብ፡ ምስኡ ህልው ኮይኑ ኸኣ ኵሉ ጊዜ ይነብር። እዚ ብርሃንዚ ውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ነቲ ኵሉ ጊዜ ምስ አብ ህልው ዝኾነ ናይ ወልድ ነገር የረድእ። መዝ 4፡6። ዮሐ 1፡4-9። 8፡12። 14፡9።
፲፩ ወንነግረከ ወናሌብወከ ዘንተ ስመ ዘውእቱ ወልድ ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ምስለ አብ።	11 እዚ ስም ወልድ ምባል ውን ምስ አብ ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንነግረካን ነረድኣካን ኣሎና።
፲፪ ወባሕቱ ንትመየጥ ኀበ መካን ዘአቅደምነ ወጢኖቶ ወንትናገር በእንተ አስተርእዮቱ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተወልደ ለነ ዮም በሥጋ ወንከሥቶ ለከ በምሳሌ ዘከመ እፎ ዘኢያስተርኢ በህላዌሁ አስተርአየ ይእዜ ወዘኢይት ገሠሠ በእንተ ዘኢኮነ ህላዌ ሥጋ ተገሠ ይእዜ በሥጋ ። ፩ዮሐ ፩፡፩። ሉቃ ፪፡፴፬። ፩ጢሞ ፫፡፲፮ ።	12 ግና ናብቲ ኣቐዲምና ዝጀመርናዮ ነገረ ሥጋዌኡ ናብ ምዝራብ ንመለስ። ሎሚ ዝተወልደልና እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋ ናይ ምግላጹ ነገር ንዛረብ። ብባህርይ ዘይርኢ ዝነበረ ከመይ ኢሉ ሎሚ ከምዝተራእየ፡ ባህርየ ሥጋ ስለዘይብሉ ዘይድኅሠሥ ዝነበረ ውን ከመይ ኢሉ ብሥጋ ከምዝተዳኅሠሥ ብምሳሌ ነረድኣካ ኣሎና። 1ይ ዮሐ 1፡1። ሉቃ 2፡39። 1ይ ጢሞ 3፡16።
፲፫ ናሁ ቃልነ ለእንለ እመሕያው ዘይወጽእ እምአፉነ ወንትናገር ቦቱ በበይናቲነ ኢይክል መኑሂ ይርእዮ እስመ ለቃል አልቦቱ ሥጋ ወኢይትከሠት ወኢለመኑሂ ወኢይት ገሠሠ በአእዳው አላ ሶበ ይጸሐፍ ቃል በክርታስ ወይከውን ለቦቱ መልክዕ አሜሃ ይከውን ክሡተ ወያስተርኢ ወይትገሠሥ።	13 ካብ ኣፍና ዝወጽእ ነሓድሕድና እንዘራረበሉ ናትና ቃል ኣሎ፡ ማንም ሓደ እኳ ዝርእዮ የልቦን። ምኽንያቱ ንቃል ግዝፊ የብሉን። ንማንም ኣይረኣዮን፡ ብኢድ ውን ኣይድኅሠሥን እዩ። ቃል ኣብ ብራና ምስ ተጻሕፈን ቅርጺ ምስ ተገብረሉን ግና ዝተገልጸ ይኸውን፡ ይርኣን ይድኅሠሥን ከኣ።
፲፬ ወለእመቦ ብእሲ ዘይፈቅድ ይጽሐፍ መጽሓፈ ኀበ ካልኡ እስመ ቃል ዘኢይትረአይ ወዘኢይትገሠሥ ሶበ ይጽሕፎ ዝኩ ብእሲ ውስተ ክርታስ አሜሃ ትራእዮ ዘኢትክል ገሢሦቶ ቅድመ ወለመልክዐ ቃል ዘኢትክል ገሢሦቶ ቅድመ ትገሥሥ ይእዜ በክርታስ በጽሕፈት እስመ ለቃል አልቦቱ ሥጋ ወሶበ ተጽሕፈ በክርታስ ወበመልክዐ ጽሕፈት ደለወከ አሜሃ ትርእዮ ወትግሥሦ ወናሁ ይእዜ ኮነ ምሳሌ ብሩሃ ወብዩነ።	14 ናብ ፈታዊኡ መጽሓፍ ክጽሕፍ ዝፈቱ ሰብ እንተሎ፡ ቃል ዘይረአን ዘይድኅሠሥን እዩሞ እቲ ሰብ ኣብ ብራና ምስ ጸሓፎ ግና ቅድም ኽትርእዮ ንዘይከኣልካ ሽዑ ክትርእዮ ኢኻ። ቅድም ክትድኅሠሦ ዘይከኣለካ ዝነበረ ናይ ቃል ኣካል፡ ሎሚ ብብራና ብጽሕፈት ክትድኅሠሦ ኢኻ። ከመይ ንቃል ግዝፊ የብሉን። ጽሕፈት ብዝሃቦ መልክዕ ምስ ተጻሕፈ ግና ሽዕኡ ክትርእዮን ክትድኅሠሦን ይግብኣካ። እንሆ ሎሚ እዚ ምሳሌ ርዱእን ፍሉይን ኮነ።

ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘቴዎዶጦስ ም. 53
፲፭ ወአዘከርናከ ዘኮነ በምሳሌ ዘልማድ ዘይከውን ወይቤሉ ወንሕነ ናጤይቀከ እስመ እግዚአብሔር ቃል ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ቀዳማዊ እምቅድመ ኵሉ አዝማን ዘአልቦቱ ሥጋ በህላዌ ቀዳማዊ ምስለ አብ ለብሰ ድኅረ ህላዌ እንለ እመሕያው ውተወልደ እምቅድስት ድንግል ወአልቦቱ ጥንት ለህላዌ መለኮቱ ።	15 በቲ ዝተለምደን ዝግበርን ክግበር ዝነብርን ምሳሌ፣ ሰብ ዝኾነ ናይ ቃል ነገር ኣረዳእናካ። ቅድሚ ኵሉ ዘመን ዝነበረ ቀዳማይ ባህሪኡ ከም አብ ሥጋ ዘይነበሮ፣ ሓደ ወዲ እግዚአብሔር እግዚአብሔር ቃል ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ባህርየ ሰብ ተዋሓሕዱ ካብ ቅድስት ድንግል ውን ከም ዝተወልደ ከምኡ ውን ንባህርየ መለኮቱ ጥንቲ ከምዘይብሉ ንሕና ነረድኣካ ኣሎና።
፲፮ ወኢትስአለኒ ዘከመ እፎ ልደቱ ለወልድ ዋሕድ እምአብ ወዘከመ እፎ ልደቱ እምድንግል እስመ ውእቱ ተወልደ እምአብ በህላዌሁ ወተወልደ እምቅድስት ድንግል በሥርዓት ዘሠርዐ ለርእሱ ውእቱ አምላክ ወውእቱ ሰብእ።	16 ወልድ ዋሕድ ካብ አብ ምውላዱ ከመይ ከምዝኾነ፣ ካብ ቅድስት ድንግል ምውላዱ ውን ከመይ ከምዝኾነ ኣይትሕተተኒ። ንሱ ብባህርዩ ካብ **አብ** ተወሊዱ እዩ፣ ንርእሱ ብዝገበሮ ተዋሕዶ ውን ካብ ቅድስት ድንግል ተወሊዱ እዩሞ ንሱ ኣምላኽ እዩ ሰብ ውን እዩ።
፲፯ ወአንተሂ ለቃልከ ዘይትወለድ እምልብከ አመ ፈቀድከ ትልክያ ወለካዕኮ በመልክዐ ጽሕፈት ወከርተስኮ በክርታስ እስመ ለሊከ ትጽሕፍ መጽሓፈ በእዴከ ወበካልእ አምሳል ይትወለድ ቃል ወአኮ ለቃል ዘጸሐፍኮ በእዴከ ይእቲ ጊዜ ጥንተ ክዋኔሁ አላ ህልው ውእቱ ውስቴትከ ተወሊዶ እምልብከ ወሶበ ለካዕኮ በእዴከ በጽሕፈት አሜሃ ያስተርኢ ናሁ ኮነ ይእዜ ምሳሌ ክሡተ ወብዙኃ።	17 ንሸኻ ውን ነቲ ካብ ልብኻ ዝተረኽበ ቃልካ ክትጽሕፎ ደሊኻ ብመልክዕ ጽሕፈት እንተ ጸሓፍካዮ፣ ኣብ ሰሌዳ ውን እንተቐረጽካዮ፣ ባዕልኻ ብኢድካ መጽሓፍ ምስ ትጽሕፍ፣ ቃል ኣካላዊ ኮይኑ ይርከብ። ግና ብኢድካ ዝጸሓፍካዮ ቃል ጥንቲ መርከቢኡ ሽዑ ኣይኮነን። ካብ ልብኻ ተረኺቡ ኣብ ልብኻ ህልው ኮይኑ ይነብር ደኣ እምበር። ኣብቲ ዝጸሓፍካዮ ጊዜ ውን ሽዑ ይርኢ ደኣ እምበር። እንሆ ሕጂ ምሳሌኡ ግሉጽ ርዱእ ኮነ።
፲፰ ወዝንቱ ምሳሌ ይሜህረነ አእምሮ ረሲ ይእዜ አምሳለ ዘተናገርናሁ ድልወ በምሳሌ ።	18 እዚ ምሳሌዚ ፍልጠት ይምህረና። ሕጂ ውን ነቲ ዝበልናዮ ብምሳሌ ቀዋሚ ግበር።
፲፱ ህየንተ ልብ ዘዝየ ነአምሮ ለአብ ህየ ወህየንተ ቃል ነአምሮ ለቃለ እግዚአብሔር ከመ ቦቱ ህላዌ ወቦቱ አካል በፍጹም ገጽ ወመልክዕ ዘከመ ገጸ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ እስመ ወልዱ ውእቱ ለአብ ወሶበ ናስተማስሎ ለቃለ ዚአነ ኢይምሰልከ ዘአልቦቱ ገጽ ወኢህላዌ ።	19 ኣብ ክንዲ እዚ ዘሎ ልቢ፣ብንየው ንእብ ብዝተፈልየ ኣካሉ ንፈልጦ ኢና። ኣብ ክንዲ እዚ ዘሎ ቃል ውን ነቲ ብፍጹም ገጽ ብፍጹም መልክዕ ንእብን መንፈስ ቅዱስን ዝመስል ዝተሻለል ኣካል ባህርይ ዘለዎ ንእግዚአብሔር ቃል ንፈልጦ ኢና። ናይ **እብ** ናይ ባህርይ ወዱ እዩሞ። ግና ንቃል እግዚአብሔር ብቓልና እንተ መሰልናዮ ኣካል ባህርይ ዘይብሉ ኣይምሰልካ።

ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘቴዎዶጦስ ም. 53
፭ ወህየንተ እድ ዘዝየ ዘይለክየ ለቃል በጽሒፍ አእምር በህየ ከመ እግዝእትነ ድንግል ማርያም ይእቲ ዘወለደቶ ለቃል በሥጋ። መዝ ፶፭(፶፬)፡፩።	20 ኣብ ጊዜ ጽሕፈት ኣብ ክንዲቲ ንቃል ዝጸሓፎ ኣብዚ ዘሎ ኢድ፡ ብንየው ንቃል ብሥጋ ዝወለደቶ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ከምዝኾነት ፍለጥ። መዝ 45(44)።
፭፩ ወአኮ ጥንተ መለኮቱ በልደቱ እምኔሃ ሐሰ ኢኮነ ዝንቱ አላ ውእቱ ጥንተ አስተርእዮቱ ለእግዚአብሔር በሥጋ እንለ እመሕያው ሶበ ኮነ ሰብእ ወከመዝ ኮነ ከማየ።	21 ናይ መለኮት ምርካብ ካብኣ ኣብ ዝተወልደሉ ጊዜ ኣይኮነን። እዚ ኸኣ እሞ ኣይከውንን። እግዚኣብሔር ነፍስን ሥጋን ምስ ተዋሓደ ብባህርይ ሰብ ናይ ምግላጹ ጥንቲ እዩ ደኣ እምበር። ብከምዚ ዝበለ ተዋሕዶ ከማይ ሰብ ኮነ።
፭፪ ወተወልደ እምህላዌየ በመንክር ግብር ወተወክፈ ልደተ ከማየ በመንክር ግብር እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ወሰመያ ለእግዝእትነ ማርያም ድንግል ወላዲቶ ወዚኣ እምከርሣ እንዘ ድንግል ይእቲ ወኢረኵሰት በምንትኒ እምዘ ፈጠራ ። ሕዝ ፶፬፡፭-፫።	22 ብዘደንቕ ግብሪ ውን ካብ ባህርየይ ተወልደ። ንሱ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ከሎ፡ ብዘደንቕ ምሥጢር ከማይ ካብ ሰብ ምውላድ ናቱ ገበረ። ብድንግልናኣ ከላ ካብኣ ተወሊዱ ንድንግል ማርያም ኣደይ በላ። ካብ ዝፈጥራ ጅሚራ ብማንም ዝኾነ ነገር ካብ ድንግልናኣ ኣይተለወጠትን። ሕዝ 44፡1-3።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፭፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎዶጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘዕንቄራ በውሰተ ዝንቱ ድርሳን ዘደረሰ፡	23 ደጊሙ ውን ናይ ዕንቄራ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ቴዎዶጦስ በዚ ዓንቀጽዚ ከምዚ በለ።
፭፬ በእንተ ምንት ረሰየ ሕማመ እንለ እመሕያው ከመ ዘሎቱ ዘእንበለ ዳእሙ ፈቂዶ ያጥፍእ ሕማመ በሕማሙ ወያብጥል ሞተ በሞቱ። ዕብ ፪፡፲፬-፲፰። ግብ ሐዋ ፲፡፴፰።	24 ስለምንታይ ከምቲ ዝግባእ ጌሩ ሕማም ሰብ ገንዘቡ ገበረ፡ ብሕማሙ ሕማም ኸኸጥፍእ፡ ብሞቱ ውን ሞት ንከጥፍእ እዩ ደኣ እምበር። ዕብ 2፡14-18። ግብ ሐዋ 10፡38።
፭፭ ወወለጠ ዘሀሎ በዝንቱ አምሳል በዘዚአሁ አምሳል ወበዝንቱ አምሳል ሞዐ ባሕቲቱ ሙዓተ።ሮሜ ፭፡፭።፰፡፫።	25 ኣብዚ ባህርየ ሥጋ ዘሎ ሥራሕ፡ በቲ ኣብኡ ዘሎ ባህርይ ሥራሕ ለወጠ። በዚ ባህርይዚ ውን ንሱ በይኑ ፈጺሙ ተዓወተ። ሮሜ 1፡4። 8፡3።
፭፮ ወተዐገሠ ስቅለተ ወረሰየ ጽፍዐተ ሎቱ ወለሕማምሂ ረሰዮ ሎቱ ለባሕቲቱ ወአመ ኮነ ሕማም ለእግዚአብሔር ዝንቱ ሕማም ረከበ ሥልጣነ በዲበ ምድር ከመ ያብጥል ሕማማተ ። ኢሳ ፶፫፡፭። ፶፫፡፩። ማቴ ፳፯፡፳፰። ዮሐ ፲፡፲፯። ፲፱፡፲፰-፴፯።	26 ስቅለት ተዓገሠ፡ ጽፍዒት ናቱ ገበረ፡ ሕማም ውን ናቱ በይኑ ገበረ። ሕማም ንእግዚኣብሔር ገንዘቡ ክኸውን ኣብ ዝተገብኣሉ ጊዜ፡ እዚ ሕማምዚ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ንዘለዉ ሕማማት ከጥፍእ ሥልጣን ረኸበ። ኢሳ 50፡6። 53፡4። ማቴ 26፡68። ዮሓ 10፡17።19፡18-37።

ዘቴዎዶጦስ ም. ፶፫	ዘቴዎዶጦስ ም.53
፳፯ ወህላዌሁ በእግዚአብሔር ኢተወክፈ ሕማመ በግብር በርእሱ አመ ረሰየ ሕማመ ሥጋ ለመለኮቱ አላ ሕማም ረከበ ኃይለ በዘይመስሎ በሞትሂ ሶበ ኮነ እግዚአብሔር ቃል አብጠለ ሞተ እምድኅረ ሞቱሂ ነሠተ ሙዳተ ሞት። ፊልጵ ፪፡፮-፱። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፭ ።	27 ሕማም ሥጋ ንመለኮቱ ገንዘብ ምስ ገበረ፡ ናይ እግዚአብሔር ኣካል ብባህሪኡ ብግዲ ሕማም ኣይተቐበለን። ሕማም ቡቲ ዝሰማምየ ባህርዩ ኃይሊ ረኸበ ደኣ እምበር። ሞት ውን ብሥጋ ገንዘብ እግዚአብሔር ቃል ምስ ኮነ ንሞት ኣጥፍኡ። ድኅሪ ሞት ድማ ፈሪስካ በስቢስካ ምትራፍ ኣጥፍኡ።ፊል 2፡6-9። 1ይ ቆሮ 15፡55።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፳፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎዶጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘዕንቄራ።	28 ደጊሙ ውን ናይ ዕንቄራ ኤጲስቆጶስ ቴዎዶጦስ ከምዚ በለ።
፳፱ እግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ውእቱ ባሕቲቱ ወይሴባሕ በጎበ ኵሉ በመለኮት ወየሐምም ከመ ሰብእ በትስብእቱ ወከመዝ ይእመኑ ምስሌነ እለ ይብሉ ተዋሐደ መለኮት ምስለ ትስብእት። መዝ ፵፰(፵፯)፡፩። ፩ጢሞ ፩፡፲፮። ፪፡፲፩-፲፮ ።	29 እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ጥራይ እዩ። ብኵሉ ከኣ ብጕይትነቱ (መለኮቱ) ይምስገን። ሰብ ብምኻኑ ከኣ ከም ሰብ መከራ ይቕበል። ከማና መለኮት ምስ ትስብእት ተዋሓደ ዝብሉ ከምዚ ይእመኑ ። መዝ 48(47)፡10። 1ይ ጢሞ 1፡17። 6፡15-17 ።
፴ ወቃልሂ ዘውእቱ ፩ዱ ኢይትበሀል ከመ ውእቱ ኮነ ፪ቱ አላ ፩ዱ ውእቱ እመሰ ትሔሊ ፩ደ ፩ደ እምኔሆሙ እቱተ ጎበ ገጸ መካን ባሕቲቱ እንከሰ ለሊከ ኮንከ አብጣሌ ተዋሕዶ ወሐለይከ ከመ ፩ዱ ፍሉጥ እምካልኡ ጎበ ገጸ መካን ባሕቲቱ ።	30 እቲ ሓደ ዝኾነ ቃል፡ ክልተ እዩ ኣይበሃልን። ንሱስ ሓደ እዩ እምበር። እምበኣር ካብኣቶም ካብ መለኮትን ካብ ትስብእትን ነቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ነንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ከምዝተፈልየ ጌርካ እንተ ሓሰብካ ግና ንሸኻ ንተዋሕዶ ተፍርስ ኣሎኻ። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ተፈልዩ ናብ ሓደ ወገን ጥራይ ከምዝኾነ ውን ተዛረብካ።
፴፩ ንሕነሰ ንቤ ኮነ ፩ደ እንበለ ፍልጠት ወሕፀት ወእንበለ ተውሳክ ወኢይትፈለጥ እንከ ጎበ ፪ቱ። ዮሐ ፫፡፲፰። ፩ቆሮ ፰፡፮።	31 ንሕና ግና ምፍላይ፡ ጕድለትን ምትሕውዋስን ዘይብሉ ሓደ ንብል። ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ናብ ክልተነት ኣይክፈልን እዩ ንብል። ዮሐ 3፡18-6። 1ይ ቆሮ 8፡6።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፴፪ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎዶጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘዕንቄራ በውስተ ዝንቱ ድርሳኑ።	32 ደጊሙ እዚ ናይ ዕንቄራ ኤጲስቆጶስ ቴዎዶጦስ ኣብዚ ድርሳንዚ ከምዚ በለ።
፴፫ መኑ ውእቱ ዘይፈልጦ ለክርስቶስ ወመኑ ውእቱ ዘይፈልጥ ምሥጢሮ ለ፩ዱ ስም ወይብል ከመ ፩ዱ ውእቱ	33 ንክርስቶስ ዝፈልዮ መን እዩ፡ ምሥጢር ናይቲ ሓደ ስምኻ ዝኸፍል መን እዩ፡ ንሱ ክርስቶስ ሓደ እዩ ዝብል፡

ዘቴዎዶጦስ ም.፶፫ ፡ ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፬

መሲሕ ወእምዝ ይብል ፪ኤ ፩ዱ አግዐዚ ወ፩ዱ ገብር ፩ዱ ሐማሚ ወካልኡ ኢሐማሚ ።

፴፬ ወምንትኑ ባቁዑ ለ፩ዱ ስም እንዘ ይሬስይዎ ፪ኤ ወእፎኑ ኮነ ነዳየ በእንቲአነ ይንግሩነ እስኩ እለ ይፈልጥዎ ለትስብእት እምእግዚአ ብሔር ቃል ይፈልጥዎ ለዘኮነ አሐደ በስመ ህላዌ ወይብልዎ ለ፩ዱ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ፪ቱ በነገር ባሕቲቱ ይሰምይዎ አሐደ። ፩ቆሮ ፲፪፡፫።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፶፬ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ቆጵሮስ በውስተ መጽሐፉ ዐቢይ ዘይሰመይ መልሕቅ።

፪ ዳዊት ነቢይ ይቤ ይቤሎ እግዚእ ለእግዚእየ ንበር በየማንየ እስከ አገብኦሙ ለጸላእትከ ታሕተ መከየደ እገሪከ። መዝ ፻፲(፻፱)፡፩።

፫ ይቤ እስመ እግዚእ ይቤሎ ለእግዚእየ ወኢይቤ እስመ እግዚእ ውእቱ እግዚአ እግዚእየ እስመ እስከ ዓዲሁ ኢበጽሐ ዘመነ ሥርዐተ ትስብእት ዘበእንቲአሁ ይቤ አምላኪየ ወአምላ ክክሙ። ዮሐ ፳፡፲፮-፲፰ ።

፬ ይቤ ኢሳይያስ ነቢይ ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ ወዝንቱሂ ዓዲ ያጤይቅ ከመ ውእቱ እምቅድመ ይበል አምላኪየ ዘውእቱ አምላክክሙ። ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፩፡፳፫።

፭ ይቤ ሚክያስ ነቢይ ወአንቲኒ ቤተ ልሔም ምድረ ኤፍራታ ኢትቴሐቲ እምነገሥተ ይሁዳ እስመ እምኔኪ ይወጽእ ንጉሥ ዘይርዕዮሙ ለሕዝብየ

ዘቴዎዶጦስ ም.53 ፡ ዘኤጲፋንዮስ ም. 54

ብድኅርዚ ውን ክልተ ዝብል፡ እቲ ሓደ ጐይታ እቲ ካልእ ኽአ ባርያ፡ እቲ ሓደ ዝሓምም እቲ ካልእ ድማ ዘይሓምም እዩ ዝብል መን እዩ፡

34 ነቲ ሓደ ስም ክልተ ክብልዎ እንተ ተረኽቡ ጥቕሙ እንታይ እዩ፡ ኣምላኽ ሰብ እንተ ዘይከውን ደኣ ንምንታይ ጠመየ ጸምአ ተባህለ፡ ንትስብእት ካብ ቃል እግዚኣብሔር ዝፈልዩ፡ ነቲ ብስመ ባህርይ ሓደ ዝኾነ ዝኸፍሉ፡ ነቲ ሓደ ክርስቶስ ክልተ ከምዝኾነ ዝዛረቡ፡ ብዘረባ ጥራይ ሓደ እዩ ዝብሉ እስከ ይንገሩና። 1ይ ቆሮ 12፡3።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 54 ክፍሊ 1

1 ናይ ሃገረ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል ዓቢይ መጽሓፉ ከምዚ በለ።

2 ነቢይ ዳዊት፡ “ጐይታ ንጐይታይ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ገረ ክሳዕ ዘግዝኣልካ ብየማነይ ተቐመጥ በሎ፡” ይብል። መዝ 110(109)፡1።

3 ጐይታ ፈጣሪ እዩሞ “ንጐይታይ” በሎ። ወልድ ጐይታ ፈጣሪ ብምኻኑ፡ ንእብ ናይ ጐይታይ ጐይታ ኣይበሎን። ሰብ ከይኑ ኣምላኽይ ኣምላኽኩም ዝበለሉ ዘመን ክሳዕ እዚ ገና ኣይበጽሐን ነበረ። ዮሓ 20፡16-18።

4 ነቢይ ኢሳይያስ ውን “እንሆ ድንግል ክትፀንስ፡ ወዲ ኽአ ክትወልድ እያ። ስሙ ውን ኣማኑኤል ክስመ እዩ” በለ። ትርጕሙ ድማ እግዚኣብሔር ምሳና ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ ማለት እዩ። እዚ ነገርዚ ቅድሚ ኣምላኽይ ንሱ ድማ ኣምላኽኩም ምባሉ ከምዝኾነ ደጊሙ የረድኣ። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡23።

5 ነቢይ ሚክያስ ውን ኣቲ ምድሪ ኤፍራታ ቤተ ልሔም ንሽኺ ካብ ነገሥታት ይሁዳ ኣይትንእስን ኢኺ፡ ንሕዝበይ እስራኤል ዝሕሉ ንጉሥ ካባኺ ክወጽእ እዩ፡ በለ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፬

እስራኤል አእምር እስመ እስከ ዓዲሁ ኢበጽሐ ዘመን ዘይብል አምላኪየ ዘውእቱ አምላክክሙ። ሚክ ፭፡፪።

፮ ወሶበ ተፈጸሙ እሉ ትንቢታት ወካልአንሂ እምኢሳይያስ ወኤርምያስ ወኮሎሙ ነቢያት እለ ተነበዩ ከመ ሀለዎ ይትወለድ አምላክ ቃል እምድንግል በከመ ይቤ ኤርምያስ ነቢይ እንዘ ውእቱ ሰብእ መኑ ይክል ያእምሮ እስመ ውእቱ ነሥአ ሥጋ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ። ኤር ፲፯፡፱።

፯ ፈጠረ ሎቱ ዘንተ ሥጋ ቅዱሰ ዘተወልደ እምብእሲት በከመ ተብህለ ወነሥአ ዘዚአነ ወበእንተ ዘዚአነ ይቤ አምላኪየ ዘውእቱ አምላክክሙ። ገላ ፬፡፬።

፰ ወበእንተ ህላዌ መለኮትሰ ይቤ አቡየ ወበእንተ ጸጋ ዘጸገወ ለአርዳኢሁ ይቤ አቡክሙ ወበእንተ ህላዌ አርዳኢሁሰ ዘይትማሰል በህላዌ ትስብእቱ ይቤ አምላኪየ ዘውእቱ አምላክክሙ።

፱ እግዚአብሔር አብ ውእቱ አቡሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በህላዌ መለኮቱ ወውእቱ አቡሆሙ ለአርዳኢሁ በጸጋሁ እግዚአብሔር አብ አምላኩ ለወልድ ውእቱ በእንተ ትስብእቱ ወአቡሁ በእንተ መለኮቱ ቀዳማዊ ።

፲ ዘኢይትነገር ልደቱ እምኔሁ በአማን አቡሁ ውእቱ እስመ አልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት በመለኮቱ ወደለወ ይእዜ ከመ ይበል አምላኪየ በእንተ ምጽአቱ ኀቤነ እምኀበ እግዚአብሔር አቡሁ። ዮሐ ፲፮፡፳፯-፳፱ ።

፲፩ እምቅድመ ዓለም ወለዶ አብ ለቃል ዘአልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት

ዘኤጲፋንዮስ ም. 54

ኣምላኽይ እዚ ውን ፈጣሪኹም ዝብለሉ ጊዜ ክሳዕ ሽዑ ገና ከምዘይበጽሐ ፍለጥ። ሚክ 5፡2።

6 እዞም ትንቢታት፡ ካብ ኢሳይያስን ኤርምያስን ከምኡ ውን ካብ ኵሎም ነቢያት ዝተነግሩ ኣምላኽ ቃል ካብ ድንግል ከም ዝውለድ ዝተነበዩ ድጎሪ ምፍጻሞም፡ ንሱ ሰብ እንከሎ መን ክፈልጦ ይኽእል፡ ኢሉ ኤርምያስ ከም ዝተዛረቦ፡ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሰደ። ኤር 17፡9።

7 ምእንቲ ክወሓዶ ባዕሉ ነዚ ንጹሕ ሥጋዚ ፈጠረ፡ ከምዝተባህለ ውን ካብ ድንግል ተወልደ። ንባህርይና ውን ገንዘቡ ገበረ። ናትና ባህርይ ስለዝተዋሓደ ውን ኣምላኽይ በለ፡ እዚ ውን ኣምላኽኩም ማለት እዩ።

8 ናይ ባህርይ ወዱ ስለዝኾነ ኣቦይ በለ። ቡቲ ንደቀ መዛሙርቲ ዝሃቦም ጸጋ ውልድነት ውን ኣቦኹም በለ። ቡቲ ባህርየ ትስብእት ዝመስል ባህርየ ኣርድእት ውን ኣምላኽይ በለ፡ እዚ ድማ ፈጣሪኹም ማለት እዩ።

9 እግዚኣብሔር **ኣብ** ብባህርየ መለኮቱ፡ ንጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቦኡ እዩ። ንሓዋርያት ግና ቡቲ ዝሃቦም ጸጋ ኣቦኦም እዩ። እግዚኣብሔር **ኣብ**፡- ቡቲ ሰብ ዝኾኖ ንወልድ ኣምላኹ እዩ፡ ቡቲ ቀዳማዊ ባህሪኡ ድማ ናይ ባህርይ ኣቦኡ እዩ።

10 ካብኡ ዝተወልዶ ልደት ውን ዘይምርመር እዩ፡ ብሓቂ ናይ ባህርይ ኣቦኡ እዩ። ብመለኮቱ በዚ ጊዜዚ ተረኽበ በዚ ጊዜ'ዚ ክኃልፍ እዩ ኣይበሃልን እዩ። ግና ካብ ናይ ባህርይ ኣቦኡ ካብቲ ሓድነት እግዚኣብሔር ከይተፈልየ ናብቲ ናትና ሓድነት ስለዝመጸ ሎሚ ኣምላኽይ ክብል ተገብኦ። ዮሓ 16፡27-29።

11 **ኣብ** ነቲ ጥንቲ ፍጻሜ ዘይብሉ ቃል ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ወለዶ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፩

ወበደኀሪ መዋዕል ተወልደ በሥጋ እም እግዝእትነ ማርያም ቅድስት ድንግል ወንጽሕት ዘእመንፈስ ቅዱስ።

ክፍል ፪

፲፪ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ጽሑፍ እስመ ሕፃን ልሕቀ ወጸንዐ በመንፈስ ቅዱስ እስመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ ይልሕቅ በበሐቅ በአካል ወበጥበብ። ሉቃ ፪፡፵-፶፪።

፲፫ ይቤ እግዚአብሔር በነቢይ እስመ እምቅድመ ያእምር ሕፃን ሰምየ አቡሁ ወእሙ ይነሥእ ኃይለ ደማስቆ ወመኅርካ ሰማርያ። ኢሳ ፰፡፬።

፲፬. ጠቢበ ዘይሜህር ለሰብእ አእምሮ ወተከለ አዕዛነ ለሰብእ ወአሠነየ ንባበ እንለ እመሕያው ወረሰየ ልሳነ በሐማን ርቱዐ ተዐገሠ ዘንተ ኵሎ ግብራተ በእንቲአነ ከመ ይዕቀብ ዘንተ ሥርዓተ እንለ እመሕያው ውእቱ ዘሠርዐ በእንቲአነ። መዝ ፺፬(፺፫)፡፰-፲። ማቴ ፲፪፡፳፪-፳፬ ።

፲፭. ኢያማሰነ ምንተኒ እምአምሳለ ጽድቅ ወእምስምዓትኒ ዘአስተጋባእናሆሙ ወአኀ በርናሆሙ እመጻሕፍተ ቅዱሳት ወአእ መርነ እምኔሆሙ ሠናየ ወአጥረይ ናሆሙ እንበለ ትርጓሜ ኢይኩን አምሳለ በእለ ይትዋሥኡነ ከመ ይትቃረንዋ ለጽድቅ ። ዮሐ ፲፱፡፴፭።

፲፮ ወንነጽር ለለ፩ዱ ቃል እምቃላት ወኃይለ ዘውስቴቶሙ ወንትናገር ዳግመ ምክንያተ ነገር ዘይቤልዎ ዘከመ ትስብእቱ ናሁ። ዮሐ ፩፡፴፬።

፲፯ ናሁ አቅደምነ ወተናገርነ ባህሎ ዘይቤ አምላኪየ ዘውእቱ አምላክከሙ ብዙኃ ጊዜያት ከመ ይለቡ ዘአልቦቱ

ዘኤጲፋንዮስ ም. 54

ድኅሪ ዘመን ድማ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ንጽሕት እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥጋ ተወልደ።

ክፍሊ 2

12 ደጊሙ ኸኣ እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ፡- እቲ ሕፃን ከምዝዓበየ ብመንፈስ ቅዱስ ውን ከምዝጸንዐ ተጻሒፉ ኣሎ በለ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣካልን ብጥበብን በብንእሽቶ ይዓቢይ ነበረ። ሉቃ 2፡40-52።

13 እቲ ሕፃን ኣቦይን ኣደይን ምባል ከይፈለጠ ከሎ፡ ንሃብቲ ደማስቆን ምርኮ ሰማርያን ከምዝቐበል፡ ኣብ ነቢይ ኃዲሩ እግዚኣብሔር ተዛረበ። ኢሳ 8፡4።

14 ንሰብ ፍልጠት ዝሃበ፡ ንሰብ ኣዕዛን ዝፈጠረ፡ ናይ ሰብ ኣዘራርባ ውን ዘከናወነ፡ ልሳን ዓባሳት ዘዛረበ፡ ንሱ እቲ ጥበበኛ ምእንታና እዚ ኵሉ ሥራሕ ናቱ ገበረ። እዚ ኸኣ ነቲ ምእንታና ዝገበሮ ነዚ ሥርዓት ሰብነት ኀኸፍጽም እዩ። መዝ 94(93)፡8-10። ማቴ 12፡ 22-24።

15 ካብ ቅኑዕ ምሳሌን፡ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣሰማሚዕና ዝኣከብናዮም፡ ሠናይ ምሥጢርን ከምኡ ውን ካብ ዝፈለጥናዮምን ናትና ዝገበርናዮምን መሸኻኽር ሓደ እኳ ኣየትረፈን። ምኽንያቱ በቶም ብዘይ ትርጓሜ ንሃይማኖት ክቃወሙ ዝከራኸሩና ሰባት መላገጺ ኀኸይኀኸውን እዩ። ዮሓ 19፡31።

16 ንነፍስ ወከፍ ካብ ቃላት መጻሕፍቲ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ምሥጢር ነስተውዕል። ነቲ ሰብ ብምኻኑ ዝተዛርቡሉ ምኽንያት ደጊምና ንነግር። ዮሓ 5፡39።

17 እዚ ድማ ነቲ “ፈጣሪኹም እዩ እንሆ ኣምላኽከይ፡” ዝበለሉ ነገር ኣቐዲምና ደጋጊምና ተዛረብና። እዚ ኸኣ ሰብ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፬ ፥ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 54 ፥ ም. 55
አእምሮ ፍናወ ፩ዱ ቃል ወዘተብህለ ከመ ውእቱ ሰብእ ወአልቦ ዘየአምሮ።	ከም ዝኾነ ዝፈልጦ ከምዘየልቦ፥ ናይቲ ዝተነግረሉ ሓደ ቃል ናቱ መንገዲ (ምሥጢር) እቲ ፍልጠት ዘይብሉ ሰብ ኾኽፈልጥ እዩ።
፲፭ ወበዝንቱ ቃለ መጽሐፍ ቅዱስ ይትዐወቅ ከመ ውእቱ እምክልኤቱ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ፩ዱ ህላዌ በእንተሰ ዘያስተርኢ ይቤ አምላኪየ ወበእንተ ዘኢያስተርኢ ይቤ አቡየ።	18 በዚ ቃል ቅዱሳት መጻሕፍቲ፥ ንሱ ካብ ክልተ ዝረኣዩን ዘይረኣዩን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ይፍለጥ። በቲ ዝርኣ ክበበ ትስብእት "አምላኽይ" በለ፥ በቲ ዘይርኣ መለኮት ድማ "አቦይ" በለ።
፲፱ ወአልቦ ዘይክል መኑሂ ያውሥእ ቃለ በእንተ እሉ ፪ቱ ሥርዓታት እፎኑ ውእቱ ሰብእ ዘኢኮነ ፍጡረ ወለእመ ኢኮነ ሰብአ እፎመ ተሰምየ ሰብአ።	19 ነዶም "አቦይ፥ ኣምላኽይ" ዝበሎም ምሥጢራት መልሲ ክህብ ዝኽእል የልቦን። ፍጡር ዘይኮነ ሰብ ከመይ ዝበለ እዩ፥ ሰብ እንተ ዘይኮይኑ ኸ ከመይ ኢሉ ሰብ ይበሃል፥
፳ እስመ ኵሉ ሰብእ ዘይትወለድ ይትከሠት ስሙ እምዘወለድዎ ወአዝማዲሁ ወሰብኡ ወነገዱ ወቅሩባኒሁ ወሰብአ ሀገሩ ወኢይደሉ ይትፈጸም ዝንቱ በብእሲ ሕፁፅ አላ ለዝንቱሰ ይበጽሕ ወይትፈጸም ቃለ እግዚአብሔር።	20 ኵሉ ዝውለድ ሰብ ስሙ፥ ኣብ ኣደን ኣቦን ኣዝማዱን ቤተ ሰቡን ወገናቱን ጐረባብቱን ሰብ ሃገሩን ይፍለጥ እዩ። እዚ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ምባልስ ንእግዚኣብሔር ቃል ደኣ ይንገር፥ ኣብ እግዚኣብሔር ቃል ውን ይፍጸም እምበር ንዕሩቕ ብእሲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ምባል ኣይግባእን እዩ።
፳፩ ወሶበሂ ተብህለ ከመ ውእቱ በአማን ሰብእ ወመኑ ይክል ያእምሮ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ወበእንተ ዝንቱ ተሰምየ አብሲማዳኮስ ዘውእቱ ብሂል ፩ዱ እምክልኤቱ ዝንቱ ውእቱ አምላክ ወውእቱ ሰብእ። ኤር ፲፯፥፱።	21 ናይ ባሕርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ እንተ ተነግረ ውን ብሓቂ ሰብ ኮይኑ እዩ። ኣምላኽ ከም ዝኾነ፥ ምፍላጥ ዝከኣሎ ሰብ ውን የልቦን። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብሲማዳኮስ ዝተሰምየ። እዚ ድማ ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ዝኾነ ማለት እዩ። ንሱ ኣምላኽ እዩ፥ ሰብ ከኣ እዩ። ኤር 17፥9።
፳፪ ወአልቦ ዘየአምሮ ሰብእ እስመ ኢይትረከብ ወውእቱ ዘበአማን ሰብእ እስመ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እንበለ ሩካቤ ወዘእንበለ ዘርአ ብእሲ።	22 ኣይምርመርን እዩሞ ዝፈልጦ ሰብ የልቦን። ብሓቂ ውን ሰብ እዩ፥ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብዘይ ሩካቤ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ስለ ዝተረኽበ እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፭ ክፍል ፫	**ምዕራፍ 55 ክፍሊ 3**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ቆጵሮስ ውስተ መጽሐፉ ዘይሰመይ መልሕቅ።	1 ደጊሙ እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፪ ይቤ በእንተ ዝንቱ አብጠለ ኵሎ ላኪሆሙ ለዐላውያን ወኵሎ እከየ	2 ኣብ ዝበልዓሉን ዝሰተየሉን ጊዜ፥ ብሓቂ ሰብ ከምዝኾነ ሥራሑ ምስ ኣረድኡ፥

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፱፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
መነናውያን ሶበ በልዐ ወሰትየ ወአጠየቀ ግብሮ ዘከመ ተሠገወ እሙነ። ማቴ ፱፡፲-፲፬።	በዚ ኑቲ ኮሉ ፀብእን ክርክርን መናፍቓንን ንኮሉ ክሕደት ሰዓብቲ ማኒን ኣጥፍአ በለ። ማቴ 9፡1-14።
፫ ወአብጠለ ግብሮ ለአርዮስ ወለእለ ይተልውዎ ቀያይሳውያን እለ ይብሉ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ዘእንበለ ነፍስ ነባቢት ከመ ኢይብጽሑ ሕማመ ትስብእት ዘከመ ንባቦሙ ዘውእቱ ረኃብ ወጽምዕእ ወድካም ብካይ ወሁከት ወኮሉ ሕማም ዘይደሉ ቦቱ እስመ ዝንቱ ኢይትበሀል ላዕለ መለኮተ ወልደ እግዚአብሔር አላ ዘሥጋ ውእቱ። ዮሐ ፬፡፮። ፲፩፡፴፯-፴፰። ፲፱፡፳፰። ማር ፲፩፡፲፫።	3 ንክሕደት ኣርዮስን፡ ንክሕደት ናይቶም ከምቲ ኣበሃህላኦም ሕማም ሥጋ ምእንቲ ከይረክቦ ወዲ እግዚኣብሔር ነፍሲ ኣይተዋሓደን ዝብሉ ንኣርዮስ ዝመስሉ ቀያይሳውያን ኣጥፍኣ። እዚ ኸኣ ጥሜት ጽምኢ ድኻም ብኽያት ኃዘንን ኮሉቲ ብሥጋ ክንገር ዝግብኦ ሕማም እዩ። እዚ ገንዘብ ሥጋ እዩ እምበር ኣብ ባህርይ ወዲ እግዚኣብሔር ኣይንገርን እዩ። ዮሓ 4፡6። 11፡27-35። 19፡28። ማር 11፡13።
፬ ወይሔልዩ ከመ ዘአልቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወእግዚአብሔር ቃል ሶበ በጽሐ ለሥርዓቱ ወተሰብአ በነፍስ ነባቢት ወፈጸመ ኮሎ ዘትስብእት ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወረከበ ዘይረክቦሙ ለነፍስ ወለሥጋ ዘውእቱ ድካም ረኃብ ወጽምእ ወትካዝ ወብካይ።	4 እትዛረብ ነፍሲ ከምዘይብሉ ይዛረቡ ኣለዉ። እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምስ ኾነ፡ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ምስ ተዋሓደ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ኑቲ ነፍስን ሥጋን ዝረኽቦም ውን ረኸቦ። እዚ ድማ ድኻም ጥሜት ጽምኢ ኃዘን ብኽያት እዩ።
፭ ወአብጠለ ንባበ መነናውያን ወአጠየቀ ከመ ቦቱ ሥጋ እሙነ ወአኮ ውእቱ ምትሐት ወእሙነ ጸምአ ከመ ናእምር እስመ ለሥጋሁ ቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት እስመ መለኮት ኢይጸምእ ለግሙራ ወዳእሙ ጸምዐ በነፍሱ ።	5 ንክሕደት ሰዓብቲ ማኒ ውን ኣጥፍኣ። ብሓቂ ሥጋ ከምዘለዎ ሓሶት ውን ከምዘይኮነ ኣረድኣ። ብሥጋኡ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ከምዘላቶ ኾነ። ብሓቂ ጸምኣ፡ መለኮት ፈጺሙ ኣይጸምእን እዩ። ብባህርየ ነፍስ ደኣ ጸምኣ እምበር።
፮ ወደክመ በሐዊረ ፍኖት ከመ ይክሥት ጽድቀ ትስብእቱ መጽአ እግዚአብሔር ቃል ወኮነ ኮማነ ሰብአ ወለብሰ ሥጋነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወናሁ አነ አቀውም ለከ ስምዐ በእንተ ዝንቱ እምነ ብሉይ ወሐዲስ።	6 ብሓቂ ሰብ ምኻኑ ንኽረድእ፡ መገዲ ብምኻድ ደኸመ። እግዚኣብሔር ቃል መጺኡ ከማና ሰብ ኮነ። እትዛረብ ነፍሲ ገንዘቡ ዝኾነት ሥጋና ተዋሓደ። ምእንትዚ ድማ እንሆ ካብ ብሉይን ሓዲስን ምስክር ኣምጺእ ኣረድእ ኣሎኹ።
፯ ዳዊትኒ ነቢይ ይቤ እስመ ኢተኀድጋ ውስተ ሲኦል ለነፍስየ ወኢትሁበ ለጻድቅከ ይርአይ ሙስና ወበዝንቱ ይከሥት ኀብረተ ነፍስ ወሥጋ ዘብእሲ ዘለብሶ እግዚእ ከመ የሀሉ ውስቴታ አእምሮ ወልቡና ርቱዕ። መዝ ፲፮ (፲፭)፡፲።	7 ነቢይ ዳዊት፡- ነፍሰይ ኣብ ሲኣል ኣይትኃድጋን ኢኻ፡ ነቲ ናይ ባህርይ ወድኻ ውን ሙስና መቃብር ክርኢ ኣኀሊፍካ ኣይትህቦን ኢኻ፡ በለ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ጐይታ ዝተወሓዶ ኣካል ዘሎ ናይ ነፍስን ሥጋን ተዋሕዶ የረድእ። ቅኑዕ ልቡናን ፍልጠትን ብእኡ ጸኒዑ ንኽነብር እዩ። መዝ 16(15)፡10

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
፭ ወከማሁ ኮነ እሙነ እስመ ነፍስ ምስለ መለኮት ወረደት ውስተ ሲኦል ወእምነ ሥጋሂ ኢተፈልጠ መለኮት እንዘ ሀሎ ውስተ መቃብር ሠሉሰ መዋዕለ ከመ ይክሥት ጽድቀ ትሥጉቱ ቅዱስ እስመ መለኮት ወነፍስ ፈጸሙ ምሥጢረ በውስተ ሲኦል ወኢተእጎዙ ውስቴቱ።	8 ከምቲ ዳዊት ዝበሎ ሓቂ ኮነ። መለኮት ዝተዋሓዳ ነፍሲ ናብ ሲኦል ወረደት፡ እያ፡ ሥጋ ውን ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኣብ መቓብር ከሎ መለኮት ካብኡ ኣይተፈልየን። ኣምላኽ ናይ ሰብ ምኻኑ ሓቅነት ንኽረድእ መለኮትን ነፍስን ኣብ ሲኦል ምሥጢር ፈጺሙ፡ ኣብ ሲኦል ውን ብቀኖራንነት ኣይተታጎዙን።
፮ ወበእንተ ዝንቱሂ ስምዕ ዘይብል እስመ ግዑዝ ውእቱ ውስተ ምውታን ወኢተሠልጠ ቦቱ ግብርናት በውስተ ሲኦል በፈቃዱ ወረደ ውስተ ሲኦል በነፍሱ ። መዝ ፹፰(፹፯)፡፭።	9 ስለዚ ኽኣ ምስ ምውታን ከምዝተቈጽረ፡ ኣብ ሲኦል ውን ቀኖራንነት ከምዘይሠልጠኖ፡ ብፍቓዱ ብነፍሱ ናብ ሲኦል ከምዝወረደ ዝነግር ምስክር ኣሎ። መዝ 88(87)፡5።
፯ ጴጥሮስኒ ሐዋርያ ይብል እስመ ኢይክል እጎዞቶ ሞት ወዓዲ እግዚእነሂ መድኅን ይቤ ብየ ሥልጣን አንብራ ለነፍስየ ወአንሥኣሂ ወካዕበ ይቤ አነ ውእቱ ኖላዊ ጌር ወእሜጡ ነፍስየ ቤዛ አባግዕየ። ዮሐ ፲፡፲፬-፲፱። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬።	10 ሓዋርያ ጴጥሮስ ውን “ሞት ጎዙ ከትርፎ ኣይክእልን እዩ፡” በለ። ጐይታና መድኃኒና ውን ንነፍሰይ ክድርብያን ኩተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ ኢሉ ኣሎ። ከምኡ ውን ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ፡ በኻ ኣባግዐይ ምእመናን ሰብነተይ ንሕማም ንሞት ኣኅሊፈ ይህብ በለ። ዮሓ 10፡14-19። ግብ ሐዋ 2፡24።
፲፩ ወካዕበ ይቤ ተከዘት ነፍስየ እስከ ለሞት ወካዕበ ይቤ ምንት እብል አባ አድኅና ለነፍስየ እምዛቲ ሰዓት ወባሕቱ በእንተ ዝንቱ መጻእኩ ወበጸሐክዋ ለዛቲ ሰዓት። ማቴ ፳፮፡፴-፴፱። ዮሐ ፲፪፡ ፳፯-፳፰።	11 ከምኡ ውን ነፍሰይ ክሳዕ ሞት በጺሓ ኃዘነት። ደጊሙ ድማ “ኦ ኣቦይ ንነፍሰይ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ኣድኅና እብል እምበር እንታይ ክብል፡” በለ። ግና ነዚ እየ ሰብ ዝኾንኩ፡ ነዛ ሰዓት እዚኣ ኽኣ መጻእኩ። ማቴ 26፡30-39። ዮሓ 12፡27-28።
፲፪ ወበዝንቱ ነገር ከሠተ ከመ መለኮት መጽአ በፈቃዱ በእንተ ዛቲ ሰዓት ወበትካዝሂ ዘተከዘ አያቀ ጽድቀ ትስብእቱ።	12 በዚ ዝበሎ ውን መለኮት ብፍቓዱ በዛ ሰዓት እዚኣ መከራ ንምቕባል ከምዝመጸ ኣረድኣ። ብዝኃዘኖ ኃዘን ከኣ ሰብ ናይ ምኻኑ ሓቅነት ኣረድኣ።
፲፫ እስመ ከመ ንጉሥ ዓቢይ ዘቦቱ ፀብእ ምስለ ዘይቴሐቶ ወየአምር ዝኩ ንጉሥ ዓቢይ ከመ ጸላኢሁ ይትመዋዕ ወበተመውዖቱ ይማስና አህጉር እንተ የኀልፍ ዲቤሆን ወበጥበቡ ዝኩ ንጉሥ ዓቢይ ረሰየ ርእሶ ከመ ዘይትመዋዕ እስከ መሰሎ ለጸላኢሁ።	13 ምስ ካብኡ ዝትሕት ጸላኢ ፀብኢ ዘለዎ ዓቢይ ንጉሥ፡- ጸላኢኡ ከም ዝስዓር፡ እቲ ጸላኢ ምስ ተሳዕረ ውን ንሱ ዝዘመተን ሃገራት ከምዝጠፍኣ እቲ ዓቢይ ንጉሥ ይፈልጥ እዩ። እንተኾነ ግና እቲ ዓቢይ ንጉሥ ብጥበቡ ክሳዕ እቲ ጸላኢኡ ንእኡ ፈሪሑ ዝተሳዕረ ዝመስሎ፡ ንርእሱ ከምዝተሳዕረ ገበረ።
፲፬ ወውእቱ ሶበ ርእየ ዘንተ አኀድአ ሕሊናሁ ወተአመነ በርእሱ ወእምዝ	14 እቲ ጸላኢኡ ውን ነዚ ምስ ርኣየ ሰብነቱ ኣረጋግአ። ብኃይሉ ውን ተኣማመነ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
ተመይጠ ንጉሥ ዓቢይ ጎበ እማንቱ አህጉር ወአግብአን ውስተ እዴሁ ወለውእቱኒ መስተቃርን አጎዘ ወበርበረ ኵሎ ንዋዮ ወአብጠለ ኵሎ ግብሮ። ኢያ ፰፡፩-፴።	ብድኅርዚ እቲ ዓቢይ ንጉሥ ናብተን ሃገራት ተመለሰ እሞ ናብ ኢዱ ኣእተወን። ነቲ ጸላኢኡ ኃዞ፡ ንገንዘቡ በርበረ፡ ንዅሉ ሥራሑ ኸኣ ኣጥፍአ። ኢያ 8፡1-30።
፲፭ ወከማሁ እግዚአብሔር ኢፈርሀ እምነ ሞት እስመ ነገሮሙ ቀዲሙ ለአርዳኢሁ እንዘ ሀለዉ ምስሌሁ በፍኖት ወይቤሎሙ እስመ ወልደ እጓለ እመሕያው ይገብእ ውስተ እደ ሰብእ ኃጥአን ወይሰቀል ወይትቀተል ወይትነሣእ እሙታን በሣልስት ዕለት ። ማቴ ፳፡፲፯-፳።	15 ከምኡ ኸኣ ጐይታና ንሞት ኣይፈርሐን፡ ኣብ መንገዲ ቢታንያ ከለዉ ኣቐዲሙ ንደቀ መዛሙርቱ ከም ዝነገሮም፡ “ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ብኢድ ኃጥኣን ሰባት ክትኃዝ እዩ፡ ክስቀልን ክመውትን ውን እዩ፡ኣብ ሣልሳይ መዓልቱ ድማ ካብ ምውታን ተፈልዩ ክትንሥእ እዩ” ኢል ዎም ከምዝነበረ እዩ።ማቴ 20፡17-20።
፲፮ ወይቤሎ ጴጥሮስ ሐሰ ለከ እግዚኦ እምነ ሞት ወገሠፆ ወይቤሎ ረሐቅ እምኔየ ሰይጣን እስመ ኢትሔሊ ዘእግዚአብሔር ዘእንበለ ዳእሙ ዘሰብእ። ማቴ ፲፮፡፳፪።	16 ጴጥሮስ ከኣ “ኦ ጐይታ ንኣኻ ሞት ኣይግብኣካን እዩ” ምስ በሎ፡ “ካባይ ርሓቕ ጸላእየይ! ናይ ሰብ እምበር ናይ እግዚአብሔር ኣይትሓስብን ኢኻ” ኢሉ ገሠፆ። ማቴ 16፡22።
፲፯ ወእፎኑመ ተአመኑ ይእዜ ከመ በእንተ ፍርሃቱ እምነ ሞት ጸለየ ወሰአለ ትጎልፍ እምኔሁ ዛቲ ጽዋዕ ከመ ኢይስተይ ሶበሰ ፈርሀ በከመ ይቤሉ አብዳን እምኢነገሮሙ ለአርዳኢሁ ዘይረክቦ ። ማቴ ፳፮፡፴፱-፵፫።	17 ሞት ፈሪሁ ከምዝጸለየ፡ ከምኡ ውን ጽዋዕ ሞት ምእንቲ ከይቅበል ካብኡ ንክትርሕቕ ከምዝለመነ ከመይ ኢሉም ኣመኑ፡ ከምቲ መናፍቕን ዝብልዎ ፈሪሁ እንተ ዝከውንሲ፡ እቲ ዝመጸ መከራ ንደቀ መዛሙርቱ ኣይምነገሮምን ነይሩ። ማቴ 26፡43።
፲፰ ወባሕቱ ጸለየ ወሰአለ በዝንቱ ከመ ይርአይ ጸላኢሁ ወየሐሊ ከመ ውእቱ ፈርሀ እምነ ሞት ወያንሥእ ላዕሌሁ አይሁድ ከመ ይቅትልዎ ወአሜሃ ይትወሀብ በሞቱ ሕይወት ለኵሎሙ ሙታን እስመ በእንተ ዝንቱ ሥርዓት ተሠገወ ወሶበ ትሰምዕ ከመ እግዚአ ብሔር ሞተ አእምር ዘከመ እፎ ሞቱ ኮነ ወበአይ አምሳል ውእቱ።	18 ጸላኢኡ ዲያብሎስ ነዚ ርእዩ ሞት ከም ዝፈርሐ ኸኽመስሎ፡ ኸኽቀትልዎ ውን ኣይሁድ ኣብ ልዕሊኡ ንከተንሥእ እሞ ሽዑ ብሞቱ ንኵሎም ምውታን ሕይወት ኸኽህብ እዩ ዝለመነ። ሓሚሙ ሞይቱ ክበሃል እንተ ሰማዕካ ሙማቱ ከመይን ብምንታይን ከምዝኾነ ፍለጥ።
፲፱ ወናሁ ነገረከ ጴጥሮስ አምሳለ ሞቱ እንዘ ይብል ሞተ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ መለኮት ተወክፈ ሕማመ ሥጋ በፈቃዱ እንዘ ኢይቀርቦ ሕማም በህላዌሁ ወነበረ ዘከመ ቀዲሙ ወኢይቀርቦ ሕማም ወኢተወለጠ እምብሉየ መዋዕልናሁ።	19 ንነገረ ሞቱ ውን እንሆ ቅዱስ ጴጥሮስ፡ “ብመለኮት ሕያው ክኸውን ከለሙ ብሥጋ ግና ሞተ፡” ክብል ነጊሩካ ኣሎ። እቲ ብባህሪኡ ሕማም ዘይብሉ መለኮት ብፍቓዱ ሕማመ ሥጋ ገንዘቡ ገበረ። ከም ቀደሙ ሕያው ኮይኑ ነበረ እምበር ሕማም ኣይረኸቦን፡ ካብ ቀዳማዊነቱ ውን ኣይተለወጠን።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
፳ እመቦ ዘይብል እምዐላውያን እስመ ዝንቱ ክፍል ኢያሠምረነ ከመ ቦቱ ለክርስቶስ ነፍስ ነባቢት ወብጥለተ ዝንቱ ይትዐወቅ እመጻሕፍት ቅዱሳት እስመ ኢሳይያስ ነቢይ ይቤ ከመ እግዚአብሔር አብ ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፍቀር ዘሠምረቶ ነፍስየ ።ኢሳ ፵፪፡፩-፬። ማቴ ፲፪፡፲፯-፲፰።	20 እዚ ዓንቀጽ ንክርስቶስ እትዛረብ ነፍሲ ከምዘላቶ ኣየረድኣናን ዝብል ካብ መናፍቓን እንተሎ ከምኡ ውን እዚ ፍሩስ ከምዝኾነ ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ይፍለጥ፣ ንሱ ድማ እግዚኣብሔር **አብ** “ነፍሰይ እትፈትዎ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ” በለ ክብል ነቢይ ኢሳይያስ ከምዝተዛረቦ እዩ፣ ዝብል ካብ ወገን መናፍቓን እንተሎ። ኢሳ 42፡1-4። ማቴ 12፡16-18።
፳፩ ሶበሰ ይትበሃል ዝንቱ በእንተ አብ ከመ ውእቱ ይቤ ነፍስየ ቦኑ ይትከሀለከ ትብል ከመ ቦቱ ለአብ ነፍስ መኑ ውእቱ አብድ ዘይሔሊ በአብ ዘንተ በእንተ ብሂሎቱ ነፍስየ አው ቦኑ ይትከሀለከ ትበል ዘንተ ዓዲ በእንተ ወልድ በእንተ ብሂሎቱ ተከዘት ነፍስየ ወብውሕ ሊተ አንብራ ለነፍስየ ወአንሥኣሂ። ማቴ ፳፮፡፴፰። ዮሐ ፲፡፲፰።	21 ነፍሰይ ዝበለ እዚ ንአብ ዝንገር እዩ ስለዝተባህለ፣ ብሓቂ ንአብ ነፍሲ ከምዘለዎ ክትዛረብ ይግብኣካዶ እዩ፣ ነፍሰይ ስለዝበለ ንአብ ነፍሲ ኣለዎ ብምባል ዝዛረብ ዘይፈልጥ ደንቈሮ መን እዩ፣ ከምኡ ውን “ነፍሰይ ኃዘነት ንነፍሰይ ካብ ሥጋይ ፈልየ ከንብራን ኩተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ” ስለዝበለስ ብሓቂ ንወልድ እዚ ክትዛረብ ይግብኣካዶ፣ ማቴ 26፡38። ዮሓ 10፡18።
፳፪ ዘንተ ይቤሉ ዐላውያን ወበምክንያተ ዝንቱ ይቤሉ አልቦቱ ነፍስ ከመ ኢይደሉ ለአብ ይትበሃል ቦቱ ነፍስ በእንተ ብሂሎቱ ነፍስየ ወባሕቱ ዳእሙ ይቤ ዘንተሰ በአምሳል ሐለዩ ዘንተ በአምጣነ እበዶም።	22 ነዚ መናፍቓን ተዛረቡ። በዚ ምኽንያትዚ ውን ነፍሰይ ስለዝበለ ንአብ ነፍሲ ኣለዎ ምባል ከምዘይግባእ፣ ነፍሰይ ዝበለስ ብምሳሌ ጥራይ ተዛረበ ደኣ እምበር ንወልድ ድማ ነፍሲ የብሉን ብምባል፣ ከም መጠን ድንቀ'ርናኦም ዘይምፍላጦም ነዚ ተዛረቡ።
፳፫ ኦ አብዳን ወዕውራነ ልብ እፎኑ ትትዋሥኡነ በነገር ዘኢኮነ ህልወ ወትመይጥዎ ለቃለ መጽሐፍ ኀበ ግዕ ዝክሙ ርኩስ ወሶበ አቅደምነ ለክሙ ስምዐ እመጻሕፍተ ቅዱሳት ከመ ቦቱ ለእግዚእነ ነፍስ ነባቢት በትስብእት። ፪ጴጥ ፫፡፲፮።	23 ኣቱም ዕዉራነ ልቢ ደናቕር ስለምንታይ ቀዋሚ ብዘይኮነ ነገር ትከራኸሩ ኣሎኹም፡ ሰብ ብምኻኑ ንጉይታና እትዛረብ ነፍሲ ከምዘላቶ ምስክር ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣምጺእና እንተ ነገርናኩም፣ ንምንታይ ነቲ ቃል መጽሓፍ ናብቲ ጽሉእን ንቑፍን ነገርኩም እትልውጥዎ፡ 2ይ ጴጥ 3፡16።
፳፬ ወአንትሙሂ ከመ ታብጥሉ ነገረ መጽሓፍ ዘኢይበጥል ቦኑ ትብልኑ ቦቱ ለአብ ነፍስ በእንተ ዘይቤ መጽሐፈ ኢሳይያስ ነቢይ ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፍቀር ዘሠምረቶ ነፍስየ ቦቱ ። ኢሳ ፵፪፡፩-፬።	24 ንሸኻትኩም ነቲ ዘይልወጥ ቃል መጻሕፍቲ ምእንቲ ክትልውጡ፣ መጽሓፍ ነቢይ ኢሳይያስ ዝበሎ “ነፍሰይ እትፈትዎ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ” ስለዝበለ ብሓቂ ንአብ ነፍሲ ኣለዎ ብከመይ ትብሉ ኣሎኹም፡ ኢሳ42-፡1-4።
፳፭ ዘሰ ይቤ አብ ለወልዱ ዘቦቱ ሠምረት ነፍስየ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ወአኮ ነፍስ ሥጋዊት እስመ ኢኮነ አብ ሥግው ከመ ወልዱ።	25 **አብ** ንወዱ ነፍሰይ እትፈተዎ ዝበሎ፣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ እዩ እምበር ንሥጋዊት ነፍሲ ኣይኮነን። ከመይ **አብ** ከም ወዱ ሥጋ ኣይተዋሓደን እዩ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
፳፮ ወዓዲ ቀያይሳውያንሂ ይቤሉ አልቦቱ ለሥጋ እግዚእነ ነፍስ ወአርዮስሂ ይቤ እስመ በወንጌል ተብህለ ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢይቤ ከመ ቃል ኮነ ሥጋ ወነፍሰ።	26 ከምኡ ውን ቀያይሳውያን “ኑቲ ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ነፍሲ የብሉን” በሉ። ኣርዮስ ውን “ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ደኣ ወንጌል ተዛረበ እምበር ቃል ነፍስን ሥጋን ከምዝኾነ ኣይተዛረበን” በለ።
፳፯ ወአነ እመይጥ ንባቦሙ ለኵሎሙ ወእብል እስመ መጽሐፍ ይብል ከመ እግዚአብሔር ነሥአ መሬተ እምነ ምድር ወገብሮ ለእጓለ እመሕያው ወበብሂሎቱ ገብሮ ለእጓለ እመሕያው ይነግር በእንተ ኵሉ ፍጥረት ዘሀሎ በሰብእ። ዘፍ ፪፡፯።	27 ኣነ ንኵሉ ሓደ ጌረ ክምልሰልኩም እየ። ከምቲ መጽሓፍ “እግዚኣብሔር ካብ ምድሪ ሓመድ ወሲዱ ንኣዳም ፈጠሮ” ዝብል፣ “ንኣዳም ፈጠሮ” ክብል ከሎ ኣብ ባህርይ ሰብ ንዘሎ ኵሉ ፍጥረት (ሰብነት) ከምዝምልከት ኣነ እዛረብ ኣሎኹ።
፳፰ ወከማሁ ሶበ ይቤ ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ናሁ ኮነ ሎቱ ዘሀሎ በሥጋ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ። ዮሐ ፩፡፲፬።	28 ከምኡ ውን ቃል ሥጋ ኮነ ክብል ከሎ፣ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ኵሉ ኣብ ሥጋ ዘሎ ገንዘቡ ከምዝኾነ እንሆ ተዛረበ። ዮሐ 1፡14።
፳፱ ወዓዲ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረ ሎቱ ለሰብእ መንፈሰ ወልበ ወከብደ ወኵልያተ ወአማዑተ አሥራወ ወአምትንተ ወኵሎ መለያልየ ሥጋ ዘውሥጥ ወዘአፍአ ወአእመርነ እስመ ዝንቱ ኵሉ ውእቱ ለእጓለ እመሕያው ዘተፈጥረ ርቱዐ።	29 ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ንሰብ፣ ነፍስን ልብን ኩብድን ኵላሊትን ኣምዑትን ጅማትን ኣብ ውሽጥን ደገን ዘለዉ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሥጋ ስለ ዝፈጠረሉ፣ እዚ ኵሉ ቀኒዑ ዝተፈጥረ ኣካል ሰብ ከምዝኾነ ፈለጥና።
፴ መጽሐፍሂ ኢዘከረ ዘንተ ኵሎ አምሳላተ ወባሕቱ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ገብሮ ለእጓለ እመሕያው ወበብሂሎቱ ገብሮ ለእጓለ እመሕያው ተናገረ በእንተ ኵሎሙ አምሳላት ዘዘከርነ ወበዝንቱ አእመርነ ጥዩቀ ከመ ቦቱ ለእግዚእነ ነፍስ ወሥጋ ፍጹም በከመ አቅደምነ ወዘከርነ አምሳሊሁ ለእጓለ እመሕያው።	30 መጽሓፍ ነዚ ኵሉ ቁጺሩ ኣይተናገረን፣ እግዚኣብሔር ንሰብ ፈጠሮ ጥራሕ ደኣ በለ እምበር። “ንሰብ ፈጠሮ” ክብል ከሎ ውን ነቶም ኵሎም ኣቐዲምና ዝበልናዮም ኣካላት ተናገረ። “ቃል ሥጋ ኮነ” ክብል ከሎ ድማ ንጐይታና ፍጹም ሥጋ ፍጹም ነፍሲ ከምዘለዎ ፈለጥና። ከምቲ ኣቐዲምና ናይ ሰብ ተፈጥሮ ዝበልናዮ እዩ።
፴፩ ወቦቱ ተወክፈ ዘይበጽሖ ለእጓለ እመሕያው ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ እስመ ለመለኮቱ ኢይበጽሖ ሕፀፅ ወኢሕማም በህላዌሁ ከመ ይጽማእ ወይርኀብ ወይድክም በከመ ጽሑፍ እስመ ውእቱ ኢይደክም ወኢይርኀብ ወኢይጸምእ ወኢይትዐወቅ ጥበቡ። ኢሳ ፵፡፳፰።	31 ብዘይካ በይና ኃጢኣት ኵሉቲ ኣብ ሰብ ዝበጽሕ ብነፍስን ብሥጋን ገንዘቡ ገበረ፣ ክጠሚ ክጸምእ ክደክም። ብመለኮቱ ምልዋጥ ብባህሪኡ ሕማም ሞት የብሉን። ከምዝተጻሕፈ ንሱ ኣይደክምን ኣይጠምን ኣይጸምእን እዩ ጥበቡ ውን ኣይምርመርን እዩ። ኢሳ 40፡28።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
፶፪ ንሕነሰ ነአምር ከመ መድኃኒነ ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በህላዌ መለኮቱ ወውእቱ ቃል ዘወረደ እምሰማይ ወኮነ በሥጋሁ ዲበ ምድር ወደለዎ ከመ ይሕምም በሥጋሁ ኢተሐሊ ከመ ውእቱ ምትሐት ዘአልቦቱ ሥጋ ዘበአማን አላ ቦቱ ኮሉ አምሳላት ዘዘከርነ እንለ እመሕያው።	32 ንሕና ግና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም ከሎ ብሥጋ ከም ዝሓመመ ንፈልጥ ኢና። ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብዚ ዓለምዚ ብሥጋ ዝተገልጸ ንሱ ቃል እዩ። ብሥጋ ክሓምም ተገብኡ። ኮሉ'ቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ዝጠቕስናዮ ገንዘቡ እዩ እምበር፡ ሓቀኛ ሥጋ ዘይብሉ ምትሓት እዩ ኣይትበሉ።
፶፫ ወዓዲ ተወክፈ ሕማማተ ዘዘከርነ ዘውእቱ ንዋም ወረኃብ ጽምእ ወድካም ወኮሎ አምሳለ ዘይትዐወቅ በህላዌ እንለ እመሕያው ወዝንቱ ኮሉ ዘረከቦ ትስብእቱ ። ማቴ ፬፡፫። ፰፡፳፬። ዮሐ ፬፡፮። ፲፱፡፳፰።	33 ከምኡ ውን ነቲ ዝበልናዮ ሕማማት ተቐበለ። እዚ ኸኣ ድቃስ ጥሜት ጽምኢ ድኻም እዩ። ኣብ ባህርይ ሰብ ዘሎ ዝፍለጥ ኮሉ ሥራሕ ገንዘቡ ገበረ። እዚ ኮሉ ዝረኸቦ ሰብ ብምኻኑ እዩ። ማቴ 4፡3 ። 8፡24 ። ዮሓ 4፡6 ። 19፡28።
፶፬ ወዘይቤ በወንጌል ቅዱስ ናሁ ረከብናሁ ለማስያስ ዘጸሐፈ ሙሴ በእንቲአሁ በአይቴ ተረክበ ዘእንበለ ዳእሙ በህላዌ ዘዘከርነ ወዘይትዐወቅ ዘውእቱ አስተርእዮቱ በሥጋ ዘይትረከብ ። ዮሐ ፩፡፵፭ ። ዘዳግ ፲፰፡፲፰።	34 ኣብ ቅዱስ ወንጌል፡ ነቲ ሙሴ ብዛዕባኡ ዝጸሓፈሉ ንማስያስ እንሆ ረኸብናዮ። ቦቲ ዝፍለጥ ዝጠቕስናዮ ባህርይ እዩ እምበር ብምንታይ ባህርይ ደኣ ተረኽበ፡ እዚ ውን ብዝርከብ ሥጋ ምርኣዩ ምግላጹ እዩ። ዮሓ1፡46። ዘዳግ 18፡18።
፶፭ ወበእንተ ዝንቱ ተብህለ እስመ ወዐልት አጎዝዎ ወመጠወ ዘባኖ ለቅሥፈት ወመልታሕቶ ለጽፍዐት ወኢሜጠ ገጾ እምኀፍረተ ምራቅ ወበከየ ወተከዘ ወኮሎ ተብህለ በእንቲአሁ ተወክፈ። ኢሳ ፶፡፮። ኢዮ ፴፡፲። ዮሐ ፲፩፡፴፭። ማር ፲፬፡፷፭።	35 ስለዚ ኸኣ እዩ፡ ገላዉ ኣይሁድ ከም ዝኃዝዎ፡ ዝባኑ ንግርፋት ገጹ ንጽፍዓት ከምዝሃበ፡ ምራቕ ተጸይፉ ገጹ ከም ዘይከወለ፡ ከምዝሸየን ከምዝኃዘንን ኮሉ'ቲ ብዛዕባኡ ዝተነግረ ከምዝተቐበለ ተነግረ። ኢሳ 50፡6። ኢዮ 30፡10። ዮሓ 11፡35። ማር 14፡65።
፶፮ ወመኑ ውእቱ ዘይክል ይቅሥፍ ቃለ እግዚአብሔር አው ይጽፍየ አው ይውርቅ ውስተ ገጹ በህላዌ መለኮቱ ዘኢይትረከብ ።	36 ንእግዚኣብሔር ቃል ክገርፍ ኮነ ክጸፍዕ ወይ ውን ቦቲ ዘይተኃዝን ዘይድኅሥን ባህርየ መለኮቱ ኣብ ገጹ ጡፍ ክብለሉ ዝኽእል መን እዩ፡
፶፯ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ቀዳማዊ ተወክፈ ዘንተ አኮኑ በሥጋሁ ተወክፈ ሕማመ ወበመለኮቱሰ ዘኢየሐምም እንዘ ኢይትፈለጥ እምሥጋሁ ወበፈቀዱ ጐለቄ ሕማማተ ከመ ዘሎቱ።	37 ብቅድምና ዝነበረ ቃለ እግዚኣብሔር ነዚ ካብ ተቐበለ ደኣ መከራ ዝተቐበለ ብሥጋኡ ዶ ኣይኮነን፡ ካብ ሥጋኡ ከይተፈለየ ገንዘቡ ከምዝኾነ ጌሩ ብፍቓዱ ሕማም ተቐበለ ደኣ እምበር። ብመለኮቱ ዘይሓምም እዩ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
፴፰ ዘከመ ደም ዘውስተ ልብሰ ብእሲ ወአኮ ደም ቅቡዕ በዘይለብሶ ከማሁ እግዚእ ሐመ በሥጋ ወኢረከቦ ሕማም ለመለኮቱ አላ ጐለቄ ሕማማተ ከመ ዘሎቱ እስመ ተወክፎ በሥጋሁ አምላካዊ እስመ መለኮት ይትወሐድ ምስለ ሥጋ ከመ ይኩነነ መድኃኒተ መለኮት ዘይትወሐድ በሥጋሁ ።	38 ደም ኣብ ክዳን ሰብ ከምዝንጸግ እሞ ግና እቲ ደም ኣብቲ ዝተኸድኖ ሰብ ከምዘይበጽሕ ከምኡ ውን ጐይታ ብሥጋኡ ሓመመ ብመለኮት ግና ሕማም የብሉን። ግና መለኮት ምስ ሥጋ ስለ ዝተዋሓደ፣ ቡቲ ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋኡ ተቐቢልዎ እዩ። እቲ ዝተዋሓደ መለኮት ብሥጋ መድኃኒት ምእንቲ ክኾነና ኑቲ ሕማም ገንዘቡ ገበሮ።
፴፱ ወካዕበ እፈቅድ አነ እዝክር ክፍለ ዘጽሑፍ ውስተ ወንጌለ ሉቃስ አብሣሪ ወኢየኀድጎ እንበለ ትርጓሜ።	39 ከምኡ ውን ኣነ፣ ኑቲ ነገረ ብሥራት ኣብ ዝተዛረበ ኣብ ወንጌል ሉቃስ ዝተጻሕፈ ኽኽዛረብ እፈቱ፣ ከይተርጕምኩ ውን ኣይነድጎን እየ።
፵ እስመ ይቤ ውእቱ ፈርሀ ወአስተርአዮ መልአክ እምሰማይ ዘይጼንየ ወኮነ ይቴክዝ ወይጼሊ አንቃዕዲዎ እስከ ኮነ ሐፉ ከመ ነጠብጣበ ደም። ሉቃ ፳፪፥፵፩-፵፯ ።	40 ንሱ ከምዝፈርሐ፣ ዘጸናንየ መልኣኽ ውን ካብ ሰማይ ወሪዱ ከምዝተራእዮ፣ ረሃጹ በዚኑ ከም ነጠብጣብ ደም ክሳዕ ዝወርድ ክሳዱ ኣቕኒዑ ከምዝጸለየን ከምዝኃዘነን ዝነግር እዩ። ሉቃ 22፡41-47።
፵፩ እስመ ዝነገር ዕሙቅ ጥቀ ወኢይደሉ ይንግርዎሙ ለእለ ኢየአምሩ ትርጓሜሁ ከመ ኢይኩኖሙ ህየንተ ረባሕ ትምህርተ ኃጢአት ወአልቦ ዘይሜኒ ምንትኒ እምዘያነብሮ ለነገር በመዳልው።	41 እዚ ነገርዚ ፈጺሙ ረቂቕ እዩ፣ ነቶም ትርጕሙ ዘይፈልጡ ሰባት ውን ክነግ ርዎም ኣይግባእን እዩ። ኣብ ክንዲቲ ረብሓን ጥቕምን ዝህቦም፣ ዕዳን በደልን ዘምጽእ ትምህርቲ ንክይኾኖም እዩ። ነገሩ ኣመዛዚንካን መጢንካን ካብ ምዝራብ ዝኃይሽ የልቦን።
፵፪ እስመ ሶበ ይቤ ከመ ውእቱ ፈርሀ ከሠተ ህላዌ እጓለ እመሕያው ዘለብሶ እግዚእ ወከመ ውእቱ ዘበአማን ሰብእ ወበዝንቱ ከሠተ ግብረ ሥጋ ዘአልቦቱ ኃጢአት ዘለብሶ እግዚእ ወከዊኖቶ ሰብአ ወአኮ ፍርሃት እምህላዌ መለኮት።	42 ንሱ ከምዝፈርሐ ኣብ ዝተዛረበሉ ጊዜ፣ ኑቲ ጐይታ ዝተዋሓዶ ባህርየ ሰብ ኣረድኡ። ሓቀኛ ሰብ ከም ዝኾነ ኣረድኡ። በዚ ውን ኑቲ ጐይታ ዝተዋሓዶ ኃጢኣት ዘይብሉ ሥራሕ ሥጋ፣ ሰብ ምዃኑ ኣረድኡ። ፍርሒ ካብ ወገን ባህርየ መለኮት ኣይኮነን።
፵፫ ወይቤ እስከ ኮነ ሐፉ ከመ ነጠብጥበ ደም እስመ ትእምርተ ደምሂ ዘሥጋ ውእቱ ይቤ ወመጽአ መልአከ እግዚአብሔር እምሰማይ ዘይጼንየ።	43 “ርሃጹ በዚኑ ከም ነጢ ደም ክሳዕ ዝወርድ ኮነ” በለ። ደም መሲሉ ምውራዱ ናይ ሥጋ ገንዘብ ስለዝኾነ እዩ። ዘጸናንየ መልኣኽ እግዚኣብሔር ውን ካብ ሰማይ መጸ በለ።
፵፬ ወአኮ ውእቱ በህላዌሁ ዘይፈቅድ ኃይለ መልአክ አላ ለሊሁ ፈጠረ	44 ንሱ ብባህሪኡ ደገፍ መልኣኽ ዘድልዮ ኣይኮነን። ከመይ ንሱ ንኮሎም

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፭	ዘኤጲፋንዮስ ም. 55
ኮሎ መላእክተ ወሎቱ ይሰግድ ኮሉ ብርክ እለ በሰማያት ወመልዕልተ ምድር ወመትሕተ ምድር። ኢሳ ፶፭፡፳፫ ። ፊልጵ ፪፡፱-፲፩።	መላእኽቲ ፈጢሩ እዩ። ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኮሉ ፍጥረት ይሰግደሉ ደኣ እምበር። ኢሳ 45፡23። ፊል 2፡9-11።
፶፭ ከመ ይትፈጸም ዘጽሑፍ ውስተ ስብሐት ዓቢይ ዘሙሴ ነቢይ ዘይብል ወይሰግዱ ሎቱ ኮሎሙ መላእክተ እግዚአብሔር ወይትፌሥሑ ሕዝብ ምስለ ሕዝቢሆሙ ወይብሉ ኮሎሙ ውሉደ እግዚአብሔር ጽኑዕ ውእቱ ። ዘዳግ ፴፪፡፵፫ (ነጽር በግዕዝ)። መዝ ፺፮(፺፭)፡፯። ዕብ ፩፡፮።	45 እቶም ዝፈጠሮም መላእኽቲ ይሰግዱሉ፣ እቶም ሕዝቢ ውን ምስ ወገኖም ይሕጐሱ፣ ኮሎም ውን ውሉደ እግዚኣብሔር ጽኑዕ እዩ ይብሉ፣ ዝብል ብነቢይ ሙሴ ዝተነግረ ምስጋና ምእንቲ ኽበጽሕን ኽፍጸምን እዩ። ዘዳግ 32፡43። መዝ 96(95)፡7። ዕብ 1፡6።
፶፮ ወለሊሁ ፈጠረ ስብሐተ ከመ ይሰባሕ ቦቱ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ እምነ መላእክተ ሰማይ ወእምፀቱ እንስሳ መንፈሳውያን ወይብሉ ለከ ይደሉ እግዚኦ አምላክነ ስብሐት ወክብር ወኃይል ወፍርቃን እስመ ፈጠርከ ኮሎ ወበፈቃደ ዚአከ ይኩን ኮሉ ዘተፈጥረ እስመ ውእቱ እግዚአ ኃያላት ። ራእ ዮሐ ፬፡፬-፲፩።	46 ንሱ ምስጋና ፈጠረ። እዚ ኸኣ ኣብ ሰማይ ብዘለዉ መላእክትን ረቀቕቲ ብዝኾኑ ኣርባዕቲ እንስሳን፣ ቃል ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ንኽምስገን እዩ። “ኦ ጐይታ ፈጣሪና! ጐይትነትን ክብርን ኃይልን መድኃኒትን ምባል ንኣኻ ይግባእ፣ ከመይ ንኮሉ ንሸኻ ፈጠርካዮ፣ እቲ ዝተፈጥረ ኮሉ ፍጥረት ውን ብፍቓድካ ጸኒዑ ዝነብር ይኹን፣” ይብሉ። ምኽንያቱ ንሱ ፈጣሪ መላእኽቲ እዩ። ራእ ዮሓ 4፡4-11።
፶፯ ወአስተርአዮሙ ለአርዳኢሁ መልአክ እንዘ ይሰግድ ለእግዚኡ ወኢያእመረ መልአክ ዕለተ ትስብእቱ ወሥርዓተ ዘገብሮ እግዚእ በእንተ አፍቅሮቱ ሰብአ ወትሕትናሁ ዘቦቱ ሞያ ለዲያብሎስ ወአማሰና ለሲኦል ወቀጥቀጠ ኃይለ ሞት ዘምስለ ኮሉ ምኮናኑ ወአሞቶ ለኃጢአት። መዝ ፻፲(፻፱)፡፲፩-፳።	47 መልኣኽ ንፈጣሪኡ እናሰገደ ንደቀ መዛሙርቱ ተራእዮም። ኑቲ ጐይታ ሰብ ዝኾነሉ መዓልቲ፣ ከምኡ ውን ጐይታ ንሰብ ኣፍቂሩ ሰብ ኮይኑ ዝሠርሖ ሥራሕ፣ ንዲያብሎስ ዝሰዓረሉ፣ ንሲኦል ዘጥፍኣሉ፣ ምስቲ ባርነቱን ቀኖታኡን ንኃይሊ ሞት ዘድከመሉን፣ ንኃጢኣት ዘጥፍኣሉ ትሕትናኡን እቲ መልኣኽ ኣይፈለጠን። መዝ 107(106)፡15-20።
፶፰ ወእምዕበዩ መንክር ዘውስተ ስብሐት ሰገደ ሎቱ መልአክ ወይቤሎ ለከ ኃይል እግዚኦ አንተ ውእቱ ዘክህልከ ላዕለ ሞት ወላዕለ ሲኦል ወላዕለ ዲያብሎስ ወአኀሠርከሙ ወመተርከ ማእሠሪሆሙ እምእጓለ እመሕያው ። ራእ ዮሐ ፭፡፮-፲፬።	48 ካብቲ ብጐይትነቱ ዝገበሮ ዘደንቕ ለውሃቱ ዝተላዕለ መልኣክ ሰገደሉ። “ኦ ጐይታ! ኃያል ምባል ንኣኻ ይግባእ፣ ሞትን ሲኦልን ምጥፋእ፣ ንዲያብሎስ ውን ምስዓር ዝተኻእለካ ንሸኻ ኢኻ። ንኣጋንንት ዝሰዓርካ ቀኖታኻ ውን ካብ ሰብ ዘጥፋእካ ንሸኻ ኢኻ፣” በሎ። ራእ ዮሓ 5፡6-14።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯

ምዕራፍ ፶፯ ክፍል ፬

፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ በውስተ መጽሐፉ ዘይሰመይ መልሕቅ።

፪ ይቤ ሶበሰ ኢልህቀ በበሕቅ በጥበብ ወበአካል እፎመ እምኮነ ጥበቡ ለአብ እንዘ ውእቱ ይሜህር ጥበበ ለሰብእ ወይከሥት ልሳነ ለተናግሮ ወይተክል ዕዝነ ለሰማዒ ። ሉቃ ፪፡፶፫ ።

፫ እፎ ኢየአምር ሰምየ አቡሁ ወእሙ ዘይቤ መጽሐፍ በእንቲአሁ እስመ እምቅድመ ያእምር ሕፃን ሰምየ አቡሁ ወእሙ ይነሥእ ኃይለ ደማስቆ ወምህርካ ሰማርያ ወዘይተልዎ ለዝንቱ። ኢሳ ፰፡፬።

፬ ሶበሰ ተናገረ አመ ጊዜ ተወልደ እምከርሠ እምኢአምነ መኑሂ ተፀንሶቶ በሥጋ ወልደቶ ወዳእሙ እምረሰይዎ ምትሐተ ወበእንተ ዝንቱ ልህቀ በበሕቅ ከመ ኢያማስን ጽድቀ ሥር ዓተ ትስብእቱ ወከመ ኢይደቁ ውስተ ሕሊና ከንቱ።

፭ ወካዕበ እሙንቱ ይትቃወሙ ወያነውሩ ቃለ ቅዱስ እንዘ ኢየአምሩ ሠናየ ወይብሉ እፎ ይብል መጽሐፍ ተወክፈ ሊቀ ካህናት እምነትነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእመን በጎበ ዘገብሮ ወካዕበ ይቤ ከመ ይክሥት ለክሙ አ ቤተ እስራኤል እስመ ዝንቱ ውእቱ ኢየሱስ ዘሰቀልክምዎ ናሁ ረሰዮ እግዚአብሔር እግዚአ ወመሢሐ። ግብ ሐዋ ፪፡፴፮።

፮ አንሰ አንክር ብዙኃ እፎኑ ይትበሀል ዝንቱ ነገር እንዘ ኢየአምሩ እሙንቱ ለኃይለ ዘይትነገር ውስቴቱ ወፈድፋደሰ ሶበ ይብል ተወከፉ ሊቀ ካህናት እምነትነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእመን በጎበ ዘአክበሮ አኮ ዘይብል ዘንተ በእንተ መለኮቱ ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. 56

ምዕራፍ 56 ክፍሊ 4

1 ዳግማይ ውን እዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ፡ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ከምዚ በለ።

2 ንሱ፡ ንሰብ ጥበብ ዝገልጽ፡ ንምዝራብ ልሳን ንምስማዕ ድማ እዝኒ ዝፈጠረ ክኸውን ከሎ፡ ብጥበብን ብኣካልን በብን እሸቶ እንተ ዘይዓቢይ፡ ከመይ ኢሉ ናይ አብ ጥበብ ምተባህለ ነይሩ፡ ሉቃ 2፡53።

3 መጽሓፍ ውን ብዛዕባኡ፡ እቲ ሕፃን ኣቦይ ኣደይን ምባል ከይፈለጠ ከሎ፡ ንሃብቲ ደማስቆን ንምርኮ ሰማርያን ገንዘብ ይገብር ዝበለሉ፡ ነዚ ዝስዕብ ውን ዝተዛረበሉ፡ ከመይ ኢሉ ኣቦይ ኣደይን ምባል ዘይፈልጥ፡ ኢሳ 8፡4።

4 ካብ ማኀፀን ኣብ ዝተወልደሉ ዕለት ተዛሪቡ እንተ ዝኸውን፡ ብሥጋ ምዕናሱ ምውላዱን ማንም ሓደ እኳ ኣይምኣመነን ነይሩ። ሓሶት ምትሓት ምበልዎ ነይሮም እምበር። ስለዚ ድማ በብንእሽቶ ዓበየ። እዚ ኸኣ ነቲ ርዱእ ሥርዓተ ሰብነቱ ምእንቲ ከየትርፍን ምእመናን ኣብ ክሕደት ምእንቲ ከይወድቁን እዩ።

5 ከምኡ ድማ ንሳቶም ይከሪኸሩ፡ ምሥጢሩ ከይፈለጡ ውን ነቲ ቅዱስ ቃሉ ይነቐፍዎ እዮም። በቲ ሰብ ዝገበሮ ብአብ ዝተኣመነ፡ ነቲ እነኣምኖ ሸያሚ ካህናት ኢየሱስ ክርስቶስ ተቐበሉ። ከምኡ ውን ኦ ደቂ እስራኤል እቲ ዝሰቐልኩምዎ ንሱ ኢየሱስ ምሻኡ ኸሪድኣኩም፡ እንሆ ንእኡ እግዚኣብሔር ገዛኢ ንጉሥ ገበሮ። ዝብል መጽሓፍሲ ከመይ ኢሉ እዩ፡ይብሉ።ግብ.ሐዋ 2፡46።

6 ኣነ ፈጺመ አድንቕ ኣለኹ። ነቲ ኣብዚ ዝንገር ምሥጢር ከይፈለጡ እዚ ከመይ ኢሉ ይንገር፡ ብቀንዱ ድማ በቲ ሊቀ ካህናት ዝገበሮ ብአብ ዝተኣመነ፡ ነቲ እንኣምኖ ሸያሚ ካህናት ንኢየሱስ ክርስቶስ ተቐበሉ፡ ዝበለሉ ነዚ ከመይ ኢሉ ይንገር፡ እዚ ዝተነግረ ብዛዕባ መለኮት ኣይኮነን።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
፮ ወባሕቱ እግዚአብሔር ሠምረ ወረሰየ መጻሕፍተ ህልዋነ ክሡተ በዘዚአሁ አምሳል በብዙኅ መክፈልት ወአልቦ ውስቴቶሙ ጥውየት ወኢጽነት አላ ኵሉሙ ርቱዓን እሙንቱ በቅድመ ማእምራን ኵሉሙ እለ ይትዌከፉ ትምህርተ።	7 እግዚአብሔር ፈትዩ ነቶም መጻሕፍቲ ብብዙኅ ዓንቅጽን ብዙኅ ምሥጢር ብምዝራብን ነበርቲ ገበሮም ደኣ እምበር ኣብአም ምቕናንን ሓሶትን የልቦን። ኣብ ቅድሚ እቶም ኵሎም ትምህርቲ ዝቕበሉ ፈላጣት፡ ቅኑዓት ሓቀኛታት እዮም እምበር።
፯ በከመ ይቤ ሰሎሞን ንሥኡ ትምህርተ ወአኮ ብሩረ እመቦ ዘኢይነሥእ ሃይማኖተ ርትዕተ እምኀበ እግዚአብሔር ይከውን ጠዋየ ይቤ እስመ እለ ይፈትዉ ይንሥኡ አእምሮ ይከውኑ ርቱዓነ።	8 ሰሎሞን፡- ብሩር ዘይኮነስ ትምህርቲ ኃዙ፡ ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ካብ እግዚኣብሔር ዘይተማህረ እንተሎ ጠዋይ ሓሳዊ ይኸውን በለ። እቶም ንፍልጠት ናቶም ኽንብሩ ዝደልዩ ሰባት፡ ቅኑዓት ሓቀኛታት ይኾኑ።
፰ ወሐዋርያሂ ያስተጋፍር እልክተ ወይቤ እስመ ኮሉ ሊቀ ካህናት እምሰብእ ያበውእ ቍርባነ ወመሥዋዕተ ወበእንተ ዝንቱ መጽአ ዋሕድ ከመ ይኩን ሊቀ ካህናት በውስተ ሰብእ ወያዕርግ ርእሶ ቍርባነ ወመሥዋዕተ ለአቡሁ በእንቲኣነ ። ዕብ ፭፡፩-፬። ፯፡፳፰ ።	9 እቲ ሓዋርያ ውን ካብ ሰብ ወገን ዝኾነ ሊቀ ካህናት ኮሉ መሥዋዕትን ቍርባንን የቕርብ ኢሉ ንኣታቶም የጎፍሮም። ስለዚ ውን ኣብ ባህርይ ሰብ ሊቀ ካህናት ንክኸውን፡ ንርእሱ ምእንታና ቍርባንን መሥዋዕትን ጌሩ ናብ ኣቦኡ ንክቕርብ ወልድ ዋሕድ ሰብ ኮነ። ዕብ 5፡1-4። 7፡28።
፱ ወእግዚአብሔር ቃል ሰመየ አርዳኢሁ አኀወ ወእመ አኮ እፎ እምተፈጸመ ዘኮነ ዘእንበለ በሊቀ ካህናት ምእመን ኀበ ዘሜሞ። መዝ ፹፱(፹፩)፡፹፱። ዕብ ፪፡፲፪ ።	10 እግዚአብሔር ቃል ውን ነቶም ደቀ መዛሙርቱ "ኣኀዋተይ" በለ። እቲ እሙን ሊቀ ካህናት ብምኻኑ ደኣ እዩ እምበር፡ ኮሉ'ቲ ዝኾነ ነገር ከመይ ኢሉ ምስ ተፈጸመ ነይሩ፡ መዝ 22(21)፡22። ዕብ 2፡12።
፲፩ አነ አቀውም ምሳሌ በእንተ ዝንቱ ፈድፋደ ወእብል ቦኑ ትሬኢ ዘይሴአል ፩ደ ንጉሥ በእንተ ወልዱ አው ይትሀበል ይበሎ ምንትከ ውእቱ ዝንቱ ወይሰምዕ አውሥአተ እምኀበ አቡሁ ዘይብል ወልድየ ውእቱ።	11 ብዝያዳ ውን ኣነ ምእንቲዚ ምሳሌ እዛረብ ኣለኹ። ምእንቲ ወዱ ንንጉሥ ዝሓትት ሰብ ርኢኻዶ ትፈልጥ፡ ወይሲ እዚ እንታይካ እዩ፡ ብምባል ክደፍርዶ ይኽእል እዩ፡ ካብ ኣቦኡ ኸ እዚ ወደይ እዩ ዝብል መልሲ ይስማዕ ድዩ፡
፲፪ ወይቤሎ ዝንቱ ውእቱኑ ወልድከ በህላዌሁ ወይቤ እወ ወይቤሎ ምንተ ረሰይከ ወይቤሎ ንጉሥ ወለእመኒ ረከበ ወኢይረክብ ሚመተ እስመ ውእቱ ኢይክሕድ ወልድናሁ በህላዌ።	12 እዚ ናይ ባህርይ ወድኻ ድዩ ኢሉ እንተ ሓተቶ እወዶ ይብሎ እዩ፡ እንታይ ጌርካሉ እንተ በሎኸ፡ ኣንጊሦ ኣሎኹዶ ይብሎ እዩ፡ ይሽሞ ኣይሽሞ ወዱ እዩሞ ናይ ባህርይ ወልድነቱ ኣይክሕድን እዩ።
፲፫ ወሶበ ተናገረ በእንተ ዳግማይ ቦኑ ውእቱ ያማስን ቀዳማየ እንከሰ እስመ ወልድ ተወልደ ወአልቦቱ ጥንት ወፈጸመ በሥጋ ዘፈጠሮ ከሢነ ሊቀ ካህናት ወበእንተ ዝንቱ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ መቅድመ ግብሩ።	13 ሥጋዊ ልደቱ ኣብ ዝዛረበሉ ጊዜ ናይ ባህርይ ወልድነቱ የትርፍ ድዩ፡ እምበኣ ርክስ ወልድ ተወልደ ኣብዚ ጊዜዚ ውን ተረኽበ ኣይበሃልንዩ። ፈጢሩ ብዝተዋሓዶ ሥጋ ሥራሕ ሊቀ ካህናት ሠርሐ። ስለዚ ኸኣ ቅድሚ ፍጥረቱ "እግዚኣብሔር ፈጠረኒ" ዝበለ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፲፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ቆጵሮስ ውስተ መጽሐፉ ዘይሰመይ መልሕቅ።	14 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፲፭ ይቤ መልኦሙ እግዚአብሔር ለባስልኤል ወለኤልያብ ጥበበ ወዓዲ ወሀቦ እግዚአብሔር ለሰሎሞን ጥበበ ዘየዓቢይ እምኵሉ ወጥበቡ ለሰብእ ይትገበር እምሕሊናሁ። ዘፀአ ፴፭፥፭-፮ ። ፩ነገ ፫፥፲፪።	15 እግዚአብሔር ንባስልኤልን ንኤልያብን ጥበብ ኣጎደረሎም በለ። ከምኡ ውን እግዚአብሔር ንሰሎሞን ካብ ኵሉ ዝበልጽ ጥበብ ገለጸሉ። ጥበብ ሰብ ካብ ልቡ ይርከብ። ዘፀ.31፥1-6። 1ነገ 3፥12።
፲፮ ወፈድፋደሰ ይትነገር በእንተ ዕበየ ጥበቡ ለአብ ወኢይክል መኑሂ ይንግር ዕበየ ውዳሴሁ ወእመሂ ይትዌደስ በንባብ እንሰ ኢይክል እትናገር ዕበዮ ወኢይክል እፈጽም ውዳሴሁ አላ አጎድግ ዘንተ መካነ ለእግዚአብሔር ዘለሊሁ የአምሮ ወእሄሊ ዘእነብቦ።	16 ዝያዳ ኸኣ ብዛዕባ ልዕልና ጥበቡ ናይ **አብ** ይንገር። ማንም ዝኾነ ናይ ጐይትነቱ ነገር ክነገር ኣይክእልን እዩ። ዋላ ውን ንምዝራብ እንተ ጠዓመ ኣነ ንዕብየቱ ክዛረብ ኣይክእልን እየ። ንምስ ጋናኡ ውን ክፍጽሞ ኣይክእልን እየ። ነዚ ዝፈልጦ ንእኡ ንእግዚአብሔር ደኣ ክገድፎ እየ እምበር፣ ንዝዛረቦ ውን ኣደይበ ኣውሪደ እዛረብ ኣለኾኹ።
፲፯ ይትቃረንኬ በበይናቲሁ እንዘ ይትዌደስ በግብር ይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ መቅድመ ግብሩ ወእምቅድመ ዓለም ወእምቅድመ ኵሉ አውግር ተወለድኩ። ምሳ ፰፥፳፪-፳፭።	17 ብምሥጢር ሓደ እንከሎ ብንባብ ግና ነሓድሕዱ ዝተፈላለየ ይመስል። “እግዚአብሔር ቅድሚ ኵሉ ፍጥረት ኣቐዲሙ ፈጠረኒ፣ ዓለምን ኵሉ ኰረቢ ትን ከይተፈጥረ ኣቐዲመ ተወለድኩ።” ይብል። ምሳሌ 8፥22-25።
፲፰ እፎኑ ተፈጥረ እንዘ ለሊሁ ዘተወልደ እመሰ ተፈጥረ እምኢተወልደ ወእፎኑ ይትፈጠር እንዘ ውእቱ ቀዳማዊ ወንሕነሂ ለዘንወልዶ አኮ ዘንፈጥሮ ወዘኒ ዘንፈጥሮ አኮ ዘንወልዶ ንሕነሂ ፍጡራን ወዘሂ ንወልዶሙ ዓዲ ፍጡራን እሙንቱሂ።	18 ዝተወልደ ከሎ ከመይ ኢሉ ተፈጥረ፣ እንተ ዝፍጠር ኣይምተወልደን ነይሩ። ቀዳማዊ ኣምላኽ ከሎ ከመይ ኢሉ ተፈጥረ ይበሃል፣ ንሕና ነቲ ንወልዶ ኣይንፈጥሮን ኢና፣ ነቲ እንሠርሖ ውን ኣይንወልዶን ኢና። ንሕና ፍጡራን ኢና፣ እቶም እንወልዶም ውን ፍጡራን እዮም።
፲፱ ወእግዚአብሔርሰ ቃል ዘኢተፈጥረ አኮ ልደቱ እምአብ ፍጡር ወኢለሊሁ ፍጡር ወእመሰ እምድኅረ ተፈጥሮቱ ተወልደ እፎኑ ተፈጥረ ቅድመ ወካዕበ እምድኅረዝ ተወልደ።	19 እቲ ዘይተፈጥረ እግዚአብሔር ቃል ግና ምውላዱ ካብ ፍጡር ኣቦ ኣይኮነን። ንሱ ውን ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ድኅሪ ምፍጣሩ እንተተወልደስ ቀደም ከመይ ኢሉ ተፈጥረ፣ ዳግማይ ድኅሪ ምፍጣሩኸ ከመይ ኢሉ ተወልደ ።
፳ ወዘሰ ተብህለ በእንተ ፍጥረቱ እስመ ውእቱ ይትፈጸም በሥርዓተ ትሥጉቱ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ በእንተ ዘይቀርብ ቅድመ ወእምድኅረዝ ዘከረ ዘይቀድም ፈቂዱ ያሥምር አልባበ ሰብእ ቅሩባን ወበእንተ ዝንቱ አኀዘ ይዝክር ዘሥጋ።	20 ተፈጥረ ምባሉ ሰብ ብምኻኑ ምሥጢር ይፍጸም። በዚ እዩ ኣቐዲሙ ነቲ ዳኅራዋይ ልደቱ ዝተዛረበ። ብድኅርዚ ነቲ ቀዳማዊ ልደቱ ተዛረበ። ንልቡና ቅሩባን ሰባት ንከሐጉስ ፈትዩ፣ ምእንትዚ ናይ ሰብነቱ ነገር ክዛረብ ጀመረ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፭፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ኤጲፋንዮስ በውስተ መጽሐፉ ዘዘከርናሁ።	21 ደጊሙ ውን እዚ መምህር ኤጲፋንዮስ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፭፪ እስመ ሶበ ተሰምየ ፍጡረ በእንተ ትስብእቱ ዓዲ ተሰምየ ዓንቀጸ ዘከመ ይደሉ በምሳሌ ወይኩነነ መካነ ሙባእ ወበዊአነ ንረክብ ሠናያተ ወንሰመይ እሊአሁ። ዮሐ ፲፡፱ ።	22 ሰብ ስለዝኾነ ፍጡር እንተ ተባህለ፡ ከምኡ ውን ኣፍ ደገ ተባህለ። ብምሳሌ ምዝራብ ከምዝግባእ፡ ናብ ላዕሊ ናብ መንግሥተ ሰማያት መእተዊ ክኾነና፡ ኣቲና ውን ሓጕስን ክብርን ነፍሲ ክንረክብ ኢና። ወገናቱ ውን ክንስመ ኢና። ዮሓ 10፡9።
፭፫ ወካዕበ ይቤ እስመ ሙሴ ነቢይ ይብል ይረድ ከመ ጠል ነቢብየ ወከመ ዝናም ውስተ ገራህት ወከመ ጊሜ ውስተ ፀምር ። ዘዳግ ፴፪፡፪።	23 ከምኡ ውን ነቢይ ሙሴ፡- ዝናም ኣብ ግራት ግመ ውን ኣብ ሸኻ ከምዝወርድ ቃል ድማ ከም ጠሊ ይውረድ፡ በለ። ዘዳ 32፡2።
፭፬ እስመ ይወርድ ከመ ጠል ውስተ ፀምር ወፀምርሂ ይትዌከፎ ለጠል ወያነውኅ ሥረዊሁ ወገራህትሂ ትትዌከፍ ዝናመ እንተ ይሴፈውዋ መስተገብራን ወያልህቆ ለዘርእ ሶበ ተወክፎ በትእዛዘ እግዚአብሔር ወይሁብ ፍሬሁ በተመጥዎቱሂ ይትረከብ ትምህርት ፈድፋደ ። መዝ ፷፬(፷፭)፡፮። ዕብ ፮፡፯።	24 ጠሊ ኣብ ልዕሊ ሸኻ ካብ ወረደ፡ እቲ ሸኻ ውን ነቲ ጠሊ ካብ ተቐበሎ፡ ንሥር ውን ዘዕብዮ ካብ ኮነ፡ ከምኡ ኸኣ እታ ሓረስቶት ተስፋ ዝገብርዋ ግራት ዝናም ትቐበል ካብ ኮነት፡ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ምስ ተቐበለት ውን ነቲ ዘርኢ ዘዕብዮን ፍረ ዝህብን ካብ ኮነ፡ ዝናም ንግራት እቲ ጠሊ ኸኣ ንሸኻ ብምሃቡ ፍጹም ትምህርቲ ይርከብ። መዝ 72(71)፡6። ዕብ 6፡7።
፭፭ ወዝንቱ ይትሜሰል በእግዝእትነ ማርያም ድንግል ሶበ ትቤ እፎ ይከውነኒ ዝንቱ እንዘ ኢየአምር ብእሴ ወሰምዐት እንዘ ይብል እስመ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኃይለ ልዑል ይጼልለኪ ወበእንተ ዝንቱ ዘትወልድዮ ቅዱስ ውእቱ ወይሰመይ ወልደ ልዑል ። ሉቃ ፩፡፴፬-፴፭።	25 እዚ ሸኻ (ግራት) በታ ሰብኣይ ከይፈለጥኩ እዚ ከመይ ኢሉ ክኾነለይ ይኽእል፡ ምስ በለት መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ፡ ኃይሊ ልዑል ውን ከፅንዓኪ እዩ፡ ስለዚ ኸኣ እቲ ካብኺ ዝውለድ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ ወዲ ልዑል እግዚኣብሔር ከኣ ክበሃል እዩ፡ ዝብል ዝሰምዐት ብቅድስት ድንግል ማርያም ይምሰል። ሉቃ 1፡34-36።
፭፮ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተናገረ በመልአክ እንዘ ለሊሁ ለሐኮሁ ወፈጣሪሁ እግዚእ ነሥአ አርአያ ገብር ወእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወክፈቶ ለቃል ኀቤሃ ከመ ትፅንሶ ዘከመ ይትዌከፍ ፀምር ጠለ ወገራህት ዝናመ ወውእቱ ኀደረ ውስቴታ ወነሥአ እምኔሃ ህላዌ እጓለ እመሕያው መዋቴ ወከመዝ አስተርአየ ፍሬ ንጹሕ ። ሉቃ ፩፡፴፰-፶፩። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፸፯።	26 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብቃል መልኣኽ ተዛረበ። ንሱ ፈጣሪ ክኸውን ከሎ፡ ጐይታ ናይ ኣዳም ባህርይ ናቱ ገበረ። እቲ ሸኻ ጠሊ፡ እታ ግራት ከኣ ዝናም ከምዝቐበል፡ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ድማ ንኽትፀንሶ ነቲ ኣካላዊ ቃል ብባህሪኣ ተቐበለቶ። ንሱ ውን ኣብ ማኅፀና ኃደረ። ነቲ ፈራሲ በስባሲ ዝነበረ ባህርየ ሰብ ካብኣ ተዋሒዱ ድማ ንጹሕ ፍረ (ጐይታ) ብከምዚ ተገልጸ። ሉቃ 1፡38-54። መዝ 118(117)፡27።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፳፯ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ በውስተ ዝንቱ መጽሐፉ ዘይሰመይ መልሕቅ።	27 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስ ቆጶስ ክቡር መምህር ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፳፰ ለሊሁ መድኃኒነ ቅዱስ ወረደ እምሰማያት ወኀደረ ውስተ ከርሣ ለእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በሣህሉ ከመ ይግበር ለነ መድኃኒተ ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ወተወልደ እምኔሃ ቃል ዘኢኮነ ሥጋ ይትዌለጥ በህላዌሁ ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭ ።	28 ንሱ ፍሉይ መድኃኒና፣ በቲ ፍሉይ ኣካሉ ካብ ሰማያት ወሪዱ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ኃደረ። ንኣና ድኅነት ንክገብረልና ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ተዋሓደ። ብባህሪኡ ምልዋጥ ዘይብሉ ቃል ውን ካብኣ ተወልደ። ማቴ 1፡18-25።
፳፱ ኮነ ሥጋ ዝንቱ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ እምእጓለ እመሕያው በእንተ መድኃኒትነ ዘውእቱ ፍጹም እምአብ ፈጸመ ሥርዐተ ዘአልቦቱ ንትጋ ወወረደ በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ ወነሥአ ሥጋ ዘምስለ ነፍስ ፍጹመ ዘከመ እጓለ እመሕያው ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	29 ሰብ ኮነ። ንኣና ንምድኃን ካብ ባህርይ ሰብ ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል እዚ እዩ። ካብ **አብ** ዝተረኽበ ፍጹም ንሱ ጕድለት የብሉን። ናይ ሰብ ሥራሕ ፈጸመ። ንኣና ንምድኃን ምእንታና ሰብ ኮነ፣ ከም ሰብ ውን ነፍስን ሥጋን ፈጺሙ ተዋሓደ። ዮሓ 1፡1-14።
፴ ወውእቱ ፍጹም እምአብ ወኮነ ፍጹመ ሰብአ ወአኮ በምትሐት አላ ዘበአማን ፈጠረ ሎቱ ሰብአ ፍጹመ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እንተ ወለደቶ ለእግዚአብሔር ቃል ዘእመንፈስ ቅዱስ።	30 ካብ **አብ** ዝተረኽበ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ፍጹም ሰብ ኮነ ብሓሶት ብምትሓት ኣይኮነን። ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ንእግዚኣብሔር ቃል ካብ ዝወለደት እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ፈጺሙ ምእንቲ ክዋሓዶ ብሓቂ ፍጹም ኣካል ፈጠረ ደኣ እምበር ።
፴፩ ኢኃደረ በብእሲ ዘከመ ኮሎሙ ነቢያት ዘገብረ ውስቴቶሙ ኃይለ አላ ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢያፍለሰ ህላዌ መለኮቱ ለከዊነ ትስብእቱ።	31 ኣብቶም ተኣምራት ዝገበረሎም ኮሎም ነቢያት ከምዝኃደረ፣ ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ዝኃደረ ኣይኮነን። ንሱ ቃል ሥጋ ኮነ ደኣ እምበር። ባህርየ መለኮቱ ውን ናብ ሰብ ምኻን ኣይለወጠን።
፴፪ ወካዕበ ይቤ እግዚእነ ኮነ ሰብአ ወተወክፈ ኵሎ ፍጹመ ወፈድፋደሰ እስመ ለሊሁ ፈጠረ ሥጋሁ በከመ ይቤ ብየ መባሕት አንብራ ለነፍስየ ወአንሥኣኒ ። ዮሐ ፲፡፲፰።	32 ከምኡ ውን ጐይታና ነፍስን ሥጋን ተዋሓደ፣ ኵሉ ሥራሕ ሰብነት ውን ፈጸመ፣ በለ። ዝያዳ ድማ ንሱ ሥጋ ከምዝፈጠረ ተዛረበ፣ ነፍሰይ ኻሽንብራን ከተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ ከምዝበለ። ዮሓ 10፡18 ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
ክፍል ፰	**ክፍሊ 8**
፴፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ውስተ ዝንቱ መጽሐፍ ዘይሰመይ መልሕቅ ።	33 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፴፬ ይቤ ሐዋርያ እስመ ውእቱ ተወልደ እምብእሲት ወገብረ በሕገ ኦሪት። ገላ ፬፡፬-፮።	34 ንሱ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ፡ ሕጊ ኦሪት ውን ከምዝፈጸመ ሓዋርያ ተዛረበ። ገላ 4፡4-6።
፴፭ ወሶበ ተራከቡ እሙንቱ በበይና ቲሆሙ ይረትዑ ፍጹመ ዘእንበለ ጽንት እስመ ዝንቱ ኮነ ፍጹመ ወዝንቱ ገብረ በሕግ ወኢኮ በምትሐት ወኢበአምሳል አላ ፍጹም ዘከመ ትስብእት ዘእንበለ ኃጢኣት ወበዘከመዝ አምሳል ኢይስሐት መኑሂ እምኔክሙ በዕበድ ከንቱ ።	35 ትስብእትን መለኮትን ኣብ ዝተዋሓድሉ ጊዜ፡ ከይተሰሓሓቡ ጸኒያም ይነብሩ። ንሱ ቃል ፍጹም ኣምላኽ ስለዝኾነ ንሱ ሥራሕ ኦሪት ሠርሐ። ብሓሶት ኮነ መሲሉ ብምርኣይ ኣይኮነን። ብዘይካ ኃጢኣት ሰብ ብምኻኑ ሥራሕ ሰብነት ንምሥራሕ ፍጹም እዩምበር። ዝኾነ ካብኻትኩም ብዘይረብሕ ድንቑርና ተታ·ኒዙ ከምዚ ዝበለ ነገር ኣይኽሓድ።
፴፮ እመሰ ዝንቱ ዘተወልደ እምአብ ውእቱ ዓዲመ ዘተወልደ እሙነ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ውእቱ ፍጹም በሰማይ ወበምድር እስመ ፍጹም ውእቱ በላዕሉ ወፍጹም በታሕቱ ለምንትኑ ኃደረ ፍጹም ውስተ ፍጹም አላ ፈጸመ ግብረ ዘነሥአ ሎቱ ወኢይትከፈል እንከ እምይእዜ።	36 ቅድመ ዓለም ካብ ኣብ ዝተወልደ ንሱ ካልኣይ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ንሱ እዩ። ንሱ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ካብ ኮነ ብሰማያዊ ልደቱን ብምድራዊ ልደቱን ፍጹም እዩ። ስለምንታይ እቲ ፍጹም ኣብ ፍጹም ኃደረ ይበሃል፡ ኑቲ ንርእሱ ገንዘብ ዝገበሮን ዝተዋሓዶን ሥራሕ ፈጸመ ደኣ እምበር። ድጎሪ ሕጂ ፈጺሙ ኣይክፈልን እዩ።
፴፯ እንዘ ሀሎ መለኮት ምስለ ሥጋ ውስተ መቃብር ወረደ ውስተ ዕመቀ ቀላይ መለኮት ምስለ ነፍስተ ሥጋ ወከመዝ ተንሥአ እሙታን ። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳።	37 መለኮት ብኣካለ ሥጋ ኣብ መቓብር ከሎ፡ ናይ ሥጋ ሕይወት ብዝኾነት ኣካለ ነፍሲ ድማ ናብ ሲኦል ወረደ። ብከምዚ ዝበለ ተዋሕዶ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥአ። 1ይ ጴጥ 3፡18-20።
፴፰ ወእምይእዜሰ ኢይትገሠሥ እንከ ወኢይትአኀዝ እስመ ቦአ እንዘ ዕፅው ኀዋኀው ወገሠሦ ቶማስ ከመ ኢየሐልይዎ ምትሐተ ወአምነ ቦቱ ቶማስ እምድኅረ ፈጸመ ዘተብህለ ናሁ ሐተትኩ በእንተ እግዚአብሔር በእዴየ ከመ ኢይስሐት ። መኃ ፭፡፬። ዮሐ ፳፡፳፭-፳፱።	38 ድጎሪ ትንሣኤ ኣይተኃዝን ኣይድኅሠሥን እዩ። ከመይ ኣብ ዕፅው ቤት ኣትዩ እዩ። እንተኾነ ግና ምትሓት ምእንቲ ከይብልዎ ቶማስ ዳኅሠሦ። እቲ ዝተነግሮ ድጎሪ ምፍጻሙ ቶማስ ኣመነ። መኃ 5፡4። ዮሓ 20፡24-29።
፴፱ እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ወውእቱ ሰብእ ኢገብረ ቱሳሔ አላ ረሰየ ፪ተ ፭ደ ወአጽንዐ ሥጋ ዘተሳተፎ ለመለኮት	39 ንሱ ኣምላኽ እንከሎ ሰብ ውን እንከሎ ምትሕውዋስ ኣይገበረን፡ ንክልቲኦም ሓደ ገበረ ደኣ እምበር። ኑቲ ንመለኮት ዝተዋሓደ ሥጋ ውን ኣጽንያ። ኣምላኽ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፮	ዘኤጲፋንዮስ ም. 56
ወረሰዮሙ ፩ደ ኃይለ ፩ዱ ጎብረት መለኮታዊ ወሰብአዊ ።	ሰብ፡ ሰብ ኣምላኽ ዝኾነሉ ሓደ ተዋሕዶ ሓደ ኃይሊ ገበሮም።
፶፬ ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ ክርስቶስ ወአኮ ውእቱ ፪ቱ ክርስቶስ ዘኮነ ፩ደ እስመ ሥጋ መንፈሳዊ ለዝንቱ ወመለኮቱሂ ዘኢይትረከብ ለዝንቱ ዘሞተ ኢማሰነ ዘኢይማስንሂ ወዘኢየሐምም ኢማሰነ ወኢሐመ እስመ እግዚአብሔር ኢይማስን ወኢይትዌለጥ ።	40 ሓደ ጐይታ፡ ሓደ ክርስቶስ እዩ። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ክርስቶስ ክልተ ኣይኮነን። እቲ መለኮት ዝተወሓደ ሥጋ ንመለኮት ገንዘብ ኮይኑ እዩ፡ እቲ ዘይም ርመር መለኮት ውን ንሥጋ ገንዘብ ኮይኑ እዩ።እቲ ዝሞተ ኣይተለወጠን፡ እቲ ዘይ ሓምምን ዘይልወጥን ንሱ ኣይሓመመን ኣይተለወጠን። ከመይ እግዚአብሔር ብባህሪኡ ዘይሓምምን ዘይልወጥን እዩ።
፶፭ ውእቱ እግዚእ ዘይነብር በየማነ እግዚአብሔር ወኢጎደገ እምኔሁ ሥጋ አላ ረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ ወረሰየ ኵሎ በተዋሕዶ ።	41 ማዕረ እግዚአብሔር **እብ** ዝነብር ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ነቲ ሥጋ ውን ካብኡ ኣይፈለየን፡ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ይገብሮ ደኣ እምበር። ንኵሉ ብተዋሕዶ ገበረ።
፶፮ ውእቱ ምስለ አብ በመለኮቱ ወውእቱ ይነብር በ፩ዱ መለኮት ምስሌሁ ወውእቱ ዋሕድ ፍጹም ዘኢተፈጥረ ወዘኢያስተርኢ ዘኮነ ሰብአ ወሞተ ወተ ንሥአ መንፈሳዊ ኢይመውት ዳግመ።	42 ብጐይትነት ምስ **እብ** ሓደ እዩ፡ ምስኡ ውን ብሓደ መለኮት ይነብር። ዘይተፈጥረ ዘይምርመር፡ ሰብ ዝኾነ፡ ዝሞተን ዝተንሥአን ሓደ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ሕያው ኣምላኽ ውን እዩ። ዳግማይ ኣይመውትን እዩ።
፶፯ ወኢይነዲ እንከ እስመ ነድየ በእንቲኣነ እመ እንዘ ባዕል ውእቱ ኮነንታሁ መንፈስ ሥጋዊ ወመንፈሳዊ ፩ዱ እሙንቱ ፩ዱ እግዚእ ንጉሥ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ነበረ በየማነ አቡሁ በሰማያት ወውእቱ ይትሌዐል እምኵሎሙ ሊቃናት ወሥልጣናት ወእምኵሉ ስም ዘይሰመይ ። ፊልጵ ፪፡፱። ዕብ ፩፡፪-፭። ፪ቆሮ ፭፡፱።	43 ድኅሪ ሕጂ ሞት የብሉን። ሕማም ሞት ዘይብሉ ከሎ ምእንታና ሓሚሙ ሞይቱ እዩ እሞ፡ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ባህርየ ሥጋን ባህርየ መለኮትን ሓደ ኮይኖም እዮም። ሓደ ናይ ባህርይ ገዛኢ ወልደ እግዚአብሔር ንጉሥ ክርስቶስ ማዕረ ኣቦኡ ብልዕልና ኣሎ። ልዕሊ ኵሎም ሊቃናትን ሥልጣናትን በብወገኖም ዝጽውዑ ኵሎምን እዩ።ፊል 2፡9።ዕብ 1፡2-5።2ይ ቆሮ 8፡9።
፶፰ ይቤ በወንጌል ቅዱስ ሉሩ ወመሀሩ ኵሎ አሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።ማቴ ፳፰፡፲፱።	44 ኣብ ቅዱስ ወንጌል፡- ኪዱ፡ ንኵሎም ኣሕዛብ መሃሩ፡ ብስም **እብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ኣጥምቕዎም በለ። ማቴ 28፡19 ።
፶፱ ነአምሮ ለአብ ዘበአማን ከመ ፩ዱ በአካሉ ወነአምሮ ለወልድ ዘበአማን ከመ ፩ዱ በአካሉ ወነአምሮ ለመንፈስ ቅዱስ ዘበአማን ከመ ፩ዱ በአካሉ መንፈሰ ጽድቅ እሉ ፫ቱ አካላት አኮ እሙንቱ ፍጡራን አልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት ኢይትዌለጡ ወኢይት መየጡ ።	45 ነቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንእብ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና። ነቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንወልድ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና። ነቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንመንፈስ ቅዱስ ውን ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና። እዞም ሠለስተ ኣካላት ዝተፈጥሩ ኣይኮኑን። በዚ ጊዜዚ ተረኽቡ በዚ ጊዜ'ዚ ይኃልፉ ኣይበሃሉን። ኣይልወጡን፡ ኣይናወጹን እዮም።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57
ምዕራፍ ፶፯ ክፍል ፱	**ምዕራፍ 57 ክፍሊ 9**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ በውስተ ዝንቱ መጽሐፉ።	1 ዳግማይ ውን እዚ ክቡር ኣቦ ኤጲስቆጶስ ኤጲፋንዮስ በዚ ዓንቀጽዚ ከምዚ በለ።
፪ ይቤሉ አብዳን ወኢተመይጡ እምስሕ ተቶሙ ሐልዮሙ ከመ መጻሕፍት ይሔስዋ።	2 ዓያሹ ተዛረቡ፡ “መጻሕፍቲ ሓሶት ይዛረቡ እዮም” ኢሎም፡ ካብ ክሕደቶም ኣይተመልሱን።
፫ እፎ ኮነ ክርስቶስ በዅረ ሙታን ወናሁ አንሥአ ቅድመ ለወልደ መበለት እንተ ናይን ወዓዲ አንሥኦ ለአልኣዛር እምድኅረ ረቡዕ መዋዕል። ዮሐ ፲፩፡፩-፵፪። ሉቃ ፯፡፲፩-፲፮።	3 ክርስቶስ ከመይ ኢሉ በዅሪ ምዉታን ተባህለ፡ እንሆ ቅድም ንወዲ እታ ኣብ ናይን ዝነበረት ድኻ መበለት፡ ደጋር ድማ ኑቲ ካብ ዝመውት ራብዕቲ ዝገበረ ኣልኣዛር ኣተ ንሥኣ። ዮሓ 11፡1-46። ሉቃ 7፡11-16።
፬ ወኤልያስሂ አንሥአ ፭ደ ምውተ ወኤልሳዕ ረድኡ ፪ተ ምውታን ለ፭ዱ እምቅድመ ይትቀበር ወለካልኡ እምድኅረ ተቀብረ ሥጋሁ። ፭ነገ ፲፯፡፲፯-፳፫። ፪ነገ ፬፡፲፭-፴፮። ፲፫፡፳-፳፪።	4 ኤልያስ ሓደ ምዉት ኣተንሥኣ። ወደ መዝሙሩ ኤልሳዕ ኸኣ ክልተ ምዉታን ኣተንሥኣ፡ ኑቲ ሓደ ከይተቐብረ ኑቲ ሓደ ድማ ምስ ተቐብረ ሥጋኡ ኣተንሥኣ። 1ይ ነገ 17፡17-24። 2ይ ነገ 4፡15-36። 13፡20-22።
፭ ናወሥኦሙ እንዘ ንብል እስመ እልክቱ ሙታን ተንሥኡ ወእምዝ ሞቱ ወእሙንቱሰ ይሴፈዉ ይእዜ ትንሣኤ ዘጉባኤ ወእግዚእነሰ ክርስቶስ ውእቱ በዅረ ምውታን ወቀዳሚ ዘተን ሥአ እሙታን ትንሣኤ ዘአልቦቱ ሞት እንከ ወኢይረክቦ ሞት ዳግመ በከመ ጽሑፍ። ሮሜ ፮፡፱። ቈላ ፩፡፲፰።	5 እዞም ምውታን እንተ ተንሥኡ እኳ ደጋር ግና ሞቱ። ሕጂ ንሳቶም ኑቲ ደጋር ሓደ ከይኖም ዝትንሥእዎ ትንሣኤ ዘጉባኤ ተስፋ ይገብሩ እዮም። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና በዅሪ ምውታን እዩ። ድኅሪ ሕጂ ሞት ዘይብሉ ትንሣኤ ኣቐዲሙ ዝተንሥኣ ንሱ እዩ። ዳግማይ ሞት ኣይረክቦን እዩ ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ። ሮሜ 6፡9። ቈላ 1፡18።
፮ እስመ ውእቱ ሐመ በሕማምነ ወጥዕመ ሞተ ምዕረ በዲበ ዕፀ መስቀል በፈቃዱ ዝውእቱ ቃል ዘበጽሐ ለሞት ሶበ ኮነ ሥጋ ከመ ያጥፍኦ ለሞት ። ፊል ፪፡፰። ዕብ ፯፡፳፯።	6 ከመይ ንሱ ናትና መከራ ተቐቢሉ እዩሞ ኣብ መስቀል ውን ሓንሳእ ብፍቓዱ ሞይቱ እዩ። እዚ ቃል፡ ሰብ ኮይኑ ክሳዕ ሞት ዝበጽሐ፡ ሞት ንኸጥፍእ እዩ። ፊል 2፡8። ዕብ 7፡27።
፯ ሐመ በሥጋ እንዘ ኢይቀርቦ ሕማም በመለኮቱ ወተሐሰበ ሕማም ከመ ዘሎቱ እንዘ ኢየሐምም በመለኮቱ ወተሐሰበ ሞት ከመ ዘሎቱ።	7 ብባህሪኡ ሕማም ዘይብሉ ብሥጋ ሓመመ፡ ብመለኮቱ ዘይሓምም ከሎ ሕማም ገንዘቡ ከምገሸነ ተነግረሉ። ሞት ውን ገንዘቡ ከምገሸነ ተነግረሉ።
፰ ወውእቱ ሕይወት ወሕይወትኒ ኢይመውት ለግሙራ ወባሕቱ ተወክፈ ሞተ ሶበ መጽአ አፍቂሮ ኪያነ ከመ ያሕይወነ ወሕይወትሂ ኮነት ለነ በእንተ ትስብእቱ እምኔነ።	8 ንሱ ግና ሕይወት እዩ። ንሱ'ቲ ሕይወት ውን ፈጺሙ ኣይመውትን እዩ። ንከድኅነና ፈትዩ ሰብ ምስ ኮነ ንሞት ገንዘቡ ገበረ ደኣ እምበር። ካብ ወገንና (ዘርእና) ሰብ ስለ ገሸነ ውን ድኅነት ተገብረትልና።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57
፱ ወአኮ ተስፋነ በሰብእ አላ በእግዚአብሔር እስመ ጽሑፍ ዘይብል ርጉም ዘይሴፈው ካልአ ዘእንበለ እግዚ አብሔር ባሕቲቱ። ዘዳግ ፳፯፡፲፭ ። መዝ ፶(፶፩)፡፲፩። ሮሜ ፭፡፲፱-፳፩።	9 ተስፋና ውን ኣብ እግዚኣብሔር ደኣ እምበር ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብዘይ በይኑ ንእግዚኣብሔር ኣብ ካልእ ዝኣምን ርጉም እዩ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። ዘዳግ. 27፡15። መዝ.60 (59)፡ 11። ሮሜ 8፡12-21።
፲ ዘይሴፎ ዘከማሁ ሰብእ ይከውን ከመ ኪዳላ ወናሁ ተከሥተ ለነ እስመ እግዚእነ ክርስቶስ ኢኮነ ብእሴ ዕሩቀ እመለኮት ከመ ኵሉ ሰብእ እለ ዘከርናሆሙ ቅድመ።	10 ንከምኡ ዝበለ ሰብ ዝኣምን ኵሉ ከምዝደረቐ ዕንጸይቲ ይኸውን። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምቶም ኵሎም ኣቐዲምና ዝዘከርናዮም ሰባት፡ ዕሩቐ ብእሲ ከምዘይኮነ እንሆ ተረዳእና ተገልጸልና።
፲፩ ወተዐውቀ ለኵሉ ሰብእ ከመ ንሕነ ንትአመን በእግዚእነ ክርስቶስ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ እንበለ ኑፋቄ ወኢኮነ ምትሐተ አላ በጽድቅ ወአኮ ውእቱ ብእሲ ዘልሕቀ ወእምዝ ተጸገወ መለኮተ።	11 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ከምዝኾነ፡ ንሕና ብዘይ ጥርጥር ኽንኣምን ንኵሉ ሰብ ተፈልጠ። ብሓሶት ሰብ ዝኾነ ኣይኮነን። ብሓቂ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ተስእሎተ መልክዕ ዝተፈጸመሉ ሰብ ምስ ተረኽበ ብድኅርዚ መለኮት ዝኃደሮ ኣይኮነን።
፲፪ ወኢኮነ ተስፋ መድኃኒት በሰብእ ወኢክህለ ሰብእ ያድኅነነ እምአዳም እስከ ተፍጻሜተ ዓለም አላ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ከመ ኢይኩን ተስፋነ በሰብእ ወኢንኩን ርጉማነ ወዳዕሙ ተስፋነ በእግዚአብሔር ሕያው።	12 ተስፋ ድኅነትና ብዕሩቕ ብእሲ ዝተገብረ ኣይኮነን። ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ 5500 ዘመን ዝፍጸም፡ ሰብ ከድኅነና ኣይከኣለን። ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ደኣ ኣድኅነና እምበር። እምነትና ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ኮይኑ ርጉማት ምእንቲ ከይኽውን፡ እምነትናስ ቦቲ ዘይኃልፍ እግዚኣብሔር ደኣ ይኹን።
፲፫ ወኮኑ ብእሲ ዘይሠየም እምሰብእ ሊቀ ካህናት ይሠየም በእንተ ሰብእ በከመ ጽሑፍ ወበእንተ ዝንቱ ተሠገወ እግዚአብሔር እምኔነ ወኮነ ሰብአ እግዚአብሔር ቃል ከመ በእንተ መለኮቱ የሀበነ መድኃኒተ ወበእንተ ትስብእት ይሙት በእንቲአነ ከመ ሰብእ። ዕብ ፭፡፩-፯።	13 ኵሉ'ቲ ካብ ሰብ ወገን ዝሸየም ሰብ ምእንቲ ሰብ ሊቀ ካህናት ይሽየም። ከም ዝተጻሕፈ፡ ስለዚ ጐይታ ካባና ሥጋ ተዋሓደ። ኣምላኽ ብምኻኑ ድኅነት ንክህበና፡ ሰብ ብምኻኑ ድማ ምእንታና ከም ኵሉ ሰብ ንኽሞተልና፡ እግዚ ኣብሔር ቃል ሰብ ኮነ። ዕብ 5፡1-7።
፲፬ ወአብጠለ ሕማመ በሕማሙ ወቀተሎ ለሞት በሞቱ ወተሐሰበ ሕማም ለመለኮቱ እስመ ዝንቱ ፈቃዱ ለቃለ እግዚአብሔር ዘኢየሐምም ወተመሰለ በዝንቱ አምሳል ከመ ብእሲ ዘለብሰ ልብሰ ዘንዙኅ በደም እስመ ደም ንዙኅ ውእቱ በውስተ ልብስ ወአኮ	14 ብሕማሙ ንሕማም ኣጥፍኣ፡ ብሞቱ ውን ንሞት ኣጥፍኣ። ሕማም ንመለኮት ተነግረሉ፡ ከመይ ፍቓድ እቲ ዘይሓምም እግዚኣብሔር ቃል ሓሚሙ ሞይቱ ንከድኅን ስለዝኾነ። ኑቲ ደም ዝተነጽኅ ክዳን ዝተኸድነ ሰብ ውን መሰለ። ደም ኣብ ክዳን ከምዝንጸግ እሞ ደም ዝተኸድነ ሰብ መጸ ከም ዝበሃል፡

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57
ንዙጎ በሥጋ ዘይለብሶ ለዝኩ ልብስ ወባሕቱ ተሐሰበ ለዘይለብሶ ለልብስ ከመዝ ሐመ እግዚእነ ክርስቶስ በሥጋ በትስብእት ፍጹም ዘለብሶ ወተሐሰበ ለቃለ እግዚአብሔር ቅዱስ ሕማም ከመ ዘቡቱ ሶበ መጽአ እምሰማይ።	ግና ኣካል ናይቲ ዝተኸድኖ ሰብ ደም ከምዘይረክቦ፣ ከምኡ ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ፍጹም ሰብ ዝኾነሉ ሥጋ ከምዚ ሓመመ፣ ካብ ሰማይ መጺኡ ሰብ ምስ ኮነ፣ ነቲ ዘይሓምም እግዚኣብሔር ቃል ሕማም ገንዘቡ ከምዝኾነ ተነግረሉ።
፲፭ በከመ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ ወካዕበ ይቤ እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲኣነ በሥጋ ወአንትሙኒ ዓዲ ተመሰሉ ቦቱ። ፩ጴጥ ፫፣፲፰-፲፱። ፬፣፩ ።	15 ከምቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ፣ ብመለኮቱ ሕያው ክኸውን ከሎ ብሥጋ ከምዝሓመመ ዝተዛረበ፣ ከምኡ ድማ ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ መከራ ከምዝተቐበለ ንሸኻትኩም ውን ንእኡ ምሰሉ በለ። 1ይ ጴጥ 3፣18-19። 4፣1።
፲፮ ዘከመ ደም በውስተ ልብስ ወለባሲሁ ተወክፈ ሕማመ ሥጋ በመለኮቱ ዘይትወሐድ ምስሌሁ እንዘ ኢይቀርቦ ሕማም ለመለኮቱ ግሙራ ወኢይኩን ተስፋ ዓለም በሰብእ ዘእንበለ በሰብእ ዘለብሶ እግዚእ።	16 ከምቲ ኣብ ልዕሊ ክዳን ዝተነጽገ ደም ዝተከድኖ ሰብን ብመለኮት ፈጺሙ ሕማም ዘይብሉ ክንሱ በቲ ብባህሪኡ ዝተዋሓዶ ንሕማም ሥጋ ገንዘብ ገበረ። ድኅነት ዓለም በቲ ጐይታ ዝተዋሓዶ ሥጋ እምበር ብዕሩቕ ብእሲ ምእንቲ ከይከውን።
፲፯ ሠምረ መለኮት ከመ ይትሐሰብ ሎቱ ሕማም ከመ ይኩን መድኃኒተ ዓለም በመለኮት ዘኢየሐምም ወዳዕሙ ተሐሰበ ሕማም ዘረከቦ ለሥጋ ወኢከ መለኮት ዘደክመ ወሐመ ወባሕቱ ተሐሰበ ሎቱ ሕማመ ሥጋ ከመ ይትፈጸም ዘጽሑፍ ዘይብል ሶበሰ ኣእመሩ እምኢሰቀልዎ ለእግዚእ ስብሐት።	17 መለኮት፣ ሕማም ክንገረሉ ፈተወ። ድኅነት ዓለም ብዘይሓምም መለኮት ንክኸውን፣ ብሥጋ ዝመጸ ሕማም ተነግረሉ። መለኮት ዝሓምም ዝደክም ኣይኮነን፣ ሕማም ሥጋ ተነግረሉ ደኣ እምበር። እዚ ኸኣ፣ እንተ ዝፈልጥዎስ ነቲ በዓል ቤት ክብሪ ንእኡ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም፣ ዝተባህለ ኀኽፍጸም እዩ።
፲፰ እንከሰ ተሰቅለ እግዚእነ ወንሕነኒ ንሰግድ ለዘተሰቅለ ወወረደ ውስተ መቃብር ወተንሥአ እምኔሃ አመ ሣልስት ዕለት ወዐርገ ሰማያተ።	18 እምበኣር እቲ ዝተሰቐለ ንሱ እቲ ናይ ክብሪ በዓል ቤት እዩ። ንሕና ውን ነቲ ዝተሰቐለን፣ናብ መቓብር ዝወረደን፣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ውን ካብ መቓብር ዝተንሥአን ናብ ሰማይ ዝዓረገን ኢና እንሰግድ።
፲፱ ኦ ዕሙቅ ብዕለ ጥበቡ ወአእምሮቱ ለእግዚአብሔር በከመ ጽሑፍ ውስተ መልእክተ ጳውሎስ ሐዋርያ ወንትመሀር ዘጽሑፍ ውስተ ዝንቱ ክፍል ከመ ዘይሰቲ ነጥበ ማይ እምዕመቀ ባሕር ዓቢይ ከማሁ ንሕነኒ ንትናገር ዕመቀ አእምሮተ እግዚአብሔር ቃል ። ሮሜ ፲፩፣፴፫።	19 ናይ እግዚኣብሔር ናይ ፍልጠቱን ጥበቡን ምልኣትን ስፍሓትን ክንደይ ይረቀቐ!! ኣብ መልእኽቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተጸሕፈ፣ በዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተነግረ ንመሃር። ሰብ ካብቲ ዓሚቑ ሰፊሕ ባሕሪ ቀሩብ ማይ ከምዝሰቲ፣ ንሕና ውን ካብቲ ረቂቕ ፍልጠት እግዚኣብሔር ቃል ቀሩብ ንዛረብ። ሮሜ 11፣33።
፳ ወንነሥእ አርአያ አምሳለ ሥርዓት ወሀብተ ተስፋነ ዘኢይትረከብ በፈቃደ	20 ነቲ ብሥራሕ ዘርኣየና ኣርኣያኡ፣ ብፍቕድ እግዚኣብሔር እብ፣ ብለውሃት እግዚኣብሔር ወልድ፣ ብፍቐሪ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57
እግዚአብሔር አብ ወሥምረተ ወልዱ ቃል ወአእምሮተ መንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።	እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ እንረክቦ ዘይምርመር ክብሪ ንፍለጥ፣ ንዘለዓለም ኣሜን።!
ክፍል ፲	**ክፍሊ 10**
፯፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ።	21 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ኣቦ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከምዚ በለ።
፯፪ ውእቱ ጥበብ ውእቱ አምላክ ውእቱ እግዚእ አማኑኤል ዘኢየሐምም ወአእምሮ ከመ በሕማሙ ይድኅኑ እለ ሐሙ በሞት ኢፈነወ ሐዋርያ ወኢነቢየ አላ ለሊሁ እግዚእ ነሥአ ሥጋ ሐማሜ ወሐመ እሙነ እንዘ ኢይረክቦ ሕማም ለመለኮቱ ለሥቱ ስብሐት ለዓለመ ዓለም አሜን ። ኢሳ ፶፫፡፱። ዮሐ ፳፡፳፰።	22 ጥበብ እዩ፣ ኣምላኽ እዩ፣ ፈጣሪ ኣማኑኤል ብመለኮቱ ዘይሓምም እዩ። ግና እቶም ብሞት ዝተታኀዙ ብሕማሙ ከምዝድኅኑ ፈሊጡ፣ ሓዋርያ ኮነ ነቢይ ኣይለኣኸን። ንመለኮቱ ሕማም ከይረኸቦ፣ ንሱ እግዚአብሔር ሕማም ዝሰማምየ ሥጋ ተዋሓሒዱ ብሓቂ ሓመመ ደኣ። ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ፣ ንዘለዓለም ኣሜን።! ኢሳ 63፡9። ዮሓ 20፡28።
ክፍል ፲፩	**ክፍሊ 11**
፯፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ልዑለ ዝክር ወስሙዐ ዜና ኤጲፋንዮስ በተፍጻሜተ ዝንቱ መጽሐፍ ዘይሰመይ መልሕቅ ።	23 ደጊሙ ውን እዚ ክቡር በዓል ዝናን ጽቡቕ ስምን ኤጲስቆጶስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ኣብ መወዳእታ ከምዚ በለ።
፯፬ ነአምን በኍዱ አምላክ አብ አኃዜ ኵሉ ዓለም ገባሬ ኵሉ ዘያስተርኢ ወኵሎ ዘኢያስተርኢ።	24 ንኵሉ ዓለም ፈጢሩ ብዝገዝእ፣ ንዝረአን ዘይረአን ኵሉ ብዝፈጠረ ሓደ ኣምላኽ ብኣብ ንኣምን።
፯፭ ወነአምን በኍዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ ተወልደ ቅድመ እምህላዌሁ ለአብ ወበደኃሪ መዋዕል ተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወእመንፈስ ቅዱስ።	25 ካብ ኣብ ብዝተወልደ፣ ብሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ቅድሚ ዓለም ካብ ባህርይ **ኣብ** ዝተወልደ፣ ድኅሪ ዘመን ውን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ።
፯፮ ኮነ ብእሴ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ወሥጋ ወልቡና ወአእምሮ ወኵሉ ዘቦቱ ለሰብእ ዘእንበለ ኃጢኣት።	26 ነፍስን ሥጋን፣ ልብን ፍልጠትን ዘለዎ፣ ከምኡ ውን ብዘይካ በይና ኃጢኣት ንሰብ ዘለዎ ኵሉ ገንዘቡ ዝኾነ ፍጹም ሰብ ኮነ።
፯፯ አኮ ውእቱ እምዘርአ ብእሲ ወኢኀደረ ውስቴቱ ዘከመ ኵሉ ሰብእ አላ ለሊሁ ነሥአ ሥጋ ለሥቱ ለባሕቲቱ ወአስተፃመሮ በተዋሕዶ።	27 ብዘርኢ ሰብኣይ ዝተወልደ ኣይኮነን። ኣብ ኵሉ ሰብ ከም ዝኃድር ውን ኣይኃደረን ንሱ ሥጋ ወሲዱ ንእኡ ንበይኑ ገንዘብ ገበሮ እምበር። ብተዋሕዶ ውን ሓደ ገበሮ እምበር።
፯፰ አኮ ከመ ኵሎሙ ነቢያት ዘሰፍሐ ቦሙ ወተናገረ ውስቴቶሙ አላ ኮነ	28 ኃዲሩ ከምዘዛረቦም ከም ኵሎም ነቢያት ኣይኮነን፣ ፍጹም ሰብ ኮነ ደኣ እምበር።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57
ሰብአ ፍጹመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢተወለጠ ወኢያፍለሰ መለኮቶ ኀበ ከዊነ ትስብእት ወረሰየ ፍጻሜሁ ቅድስተ በብርሃን ምስለ መለኮት።	እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ኣይተ ለወጠን። ነቲ መለኮቱ ናብ ሰብ ምኻን ኣይለወጠን፡ ምስ መለኮት ጽኑዕ ሓድነት ብተዋሕዶ ገበረ ደኣ እምበር።
፷፱ ፩ዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውእቱ እግዚእነ ውእቱ ንጉሥ ውእቱ ዘሞተ በሥጋ ወተንሥአ ወዐርገ ሰማያተ በዝንቱ ፩ዱ አካል ወካዕበ ይመጽእ በዝንቱ ፩ዱ አካል።	29 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ። ፈጣሪ እዩ፡ ንጉሥ እዩ፡ ብሥጋ ሞይቱ ዝተንሥአ ንሱ እዩ። በዚ ሓደ ኣካል ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ዳግማይ ድማ ኣብ ሕያዋንን ምውታንን ክፈርድ በዚ ሓደ ኣካል ክመጽእ እዩ።
፸ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ነባቢ በውስተ ሕግ ወሰባኪ በነቢያት ዘወረደ በዮርዳኖስ ወተናገረ በሐዋርያት ወኃደረ በቅዱሳን ወነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ ህላዌ መንፈስ ቅዱስ ፍጹም ጸራቅሊጦስ ዘኢተፈጥረ ዘሠረፀ እምአብ ወነሥአ እምወልድ ። ዮሐ ፲፭፡፳፮። ፲፮፡፲፬ ።	30 ሕጊ ብዝሠርዐ፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ብዝመሃረ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ብዝወረደ፡ ኣብ ሓዋርያት ኃዲሩ ብዝመሃረን ኣብ ሊቃውንቲ ብዝኃደረን ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ባህርየ መንፈስ ቅዱስ፡- ዘይተፈጥረ፡ ካብ **አብ** ዝተረኽበ፡ ቃልነት ካብ ወልድ ገንዘብ ዝገበረ፡ ፍጹም ኣካላዊ ከምዝኾነ ብእኡ ንኣምን ኢና። ዮሐ 15፡26። 16፡14።
፸፩ ወነአምን በአሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወአሐቲ ጥምቀት ለንስሐ ወለሥርየተ ኃጢአት ወአሐቲ ትንሣኤ ለሙታን ወተዋሕዶተ ነፍስነ ወሥጋነ ወመን ግሥተ ሰማያት ወሕይወት ዘለዓለም።	31 ሓዋርያት ብዝኣከብዋ ብሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ንስሓ ንምእታውን ኃጢኣት ንምሥትስራይን እትወሃብ ጥምቀት ሓንቲ ከምዝኾነት ንኣምን። ንምውታን እትግበር ትንሣኤ ሓንቲ ከምዝኾነት ንኣምን፡ ነፍስናን ሥጋናን ሓደ ኮይኖም ከምዝትንሥኡ ንኣምን። መንግሥተ ሰማያት ናይ ዘለዓ ለም ሕይወት ከምዘሎ ንኣምን።
ክፍል ፲፪	**ክፍሊ 12**
፸፪ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ በውስተ መጽሐፍ ዘደረሰ በይነ ፲ቱ ወ፪ቱ አዕባን።	32 እዚ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ፡ ብዛዕባ ናይ 12 ኣዕናቑ ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፍ ዳግማይ ከምዚ በለ፡-
፸፫ ይቤ ከመዝ ሀሎ በዝየ ውስተ ቤተ ያዕቆብ ሰቆቃው በእንተ ዮሴፍ ከመ ውእቱ ሞተ ወካልአንሂ ይዜንዉ ሞቶ እንዘ ውእቱ ንጉሥ በግብጽ ወደምኒ ውስተ ልብስ አኮ ለሞቱ አላ ልብስ ዘዚአሁ ውእቱ ።ዘፍጥ ፴፯፡፴፭-፴፭።	33 ዮሴፍ ሞይቱ ተባሂሉ ኣብ ቤት ያዕቆብ ብኽያት ተሰምዐ በለ። ኣብ ግብጺ ነጊሡ ከሎ ካልኦት ሞይቱ እናበሉ ይዛረቡ ነበሩ። ኣብ ክዳን ዝተነጽገ ደም ናቱ ኣይነበረን። እቲ ክዳን ግና ናቱ ነበረ። ዘፍጥ 37፡31-35።
፸፬ ከመዝ ደቂቀ እስራኤል አንበሩ እደዊሆሙ ላዕለ መድኃኒነ ወዳዕሙ ኢክህሉ ይብጽሑ ኀበ መለኮት እስመ	34 ከምኡ ድማ ደቂ እስራኤል ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ገበሩ፡ ናብ መለኮቱ ግና ምብጻሕ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፯ ፥ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 57 ፥ ም. 58
ለመለኮት ኢይበጽሖ ምንትኒ ዘይዳደቅ ወደምኒ ዘአርስሑ ቦቱ ልብስ ውእቱ በሞተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይትሜሰል።	ኣይተኻእሎምን። ከመይ ነቲ ብሥጋ ዝመጽእ መከራ ንመለኮት ብባህሪኡ ኣይረኽቦን እዩ። ኣብ ክዳን ዮሴፍ ዝተነጽገ ደም ብሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይምሰል።
፴፭ ወሶበ ንሜስል ዘንተ ምሳሌ ኢይምሰልክሙ ዘንፈልጦ ለመለኮት እምትስብእት በከመ ተፈልጠ ዮሴፍ እምልብሱ ኣላ ነአምን ከመ እግዚእነ ክርስቶስ ኢሐመ ዕሩቀ እመለኮት ኣላ ሐመ ጥዩቀ እንዘ መለኮት ምስሌሁ ወመለኮቱሰ ኢሐመ ኣላ ሐመ በትስብእቱ ።	35 እዚ ምሳሌ እዚ እንተ መሰልና፡ ከምቲ ዮሴፍ ካብ ክዳኑ ዝተፈልየ ንመለኮት ካብ ትስብእት እንፈልዮ ኣይምሰልኩም። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መለኮት ዘይብሉ ኮይኑ ከምዘይሓመመ ንኣምን። ኣምላኽነት ገንዘቡ ከሎ ደኣ ብሓቂ ሓመመ እምበር። ብሰብነቱ ደኣ ሓመመ እምበር፡ ብመለኮቱስ ኣይሓመመን።
፴፮ ወዐቀበ በተዋሕዶ እሎንተ ግብራተ ፍጹማነ በኵሉ ዘመን ተብህለ ከመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ ወኢከ በመለኮት በከመ ተኣመነ ጴጥሮስ ሐዋርያ ወኢተፈልጠ መለኮት እምትስብእቱ ኣላ መለኮት ወትስብእት ተዋሐዱ ኀቡረ በከዊነ እግዚእ። ፩ጴጥ ፫፡፲፰። ፬፡፩።	36 ብኵሉ ጊዜ፡ ነዞም ዘይፈላለዩ ናይ ኣምላኽነትን ናይ ሰብነትን ግብራት ብተዋሕዶ ኣጽንዐ። ክርስቶስ ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ከም ዝሓመመ ተነግረ፡ ሓዋርያ ጴጥሮስ ከምዝበሎ፡ መለኮት ካብ ትስብእት ኣይተፈልየን መለኮትን ትስብእትን ሓደ ባህርይ ብምኻን ተዋሓዱ እምበር። 1ይ ጴጥ 3፡18። 4፡1።
፴፯ ወጳውሎስኒ ሐዋርያ ተናገረ በእንተ መለኮት ወትስብእት ኀቡረ ከመ ውእቱ እግዚኣ ስብሐት ወይቤ ሶበሰ ኣእምሩ እምኢሰቀልዎ ለእግዚኣ ስብሐት። ፩ቆሮ ፪፡፰ ።	37 ሓዋርያ ጳውሎስ ውን ንመለኮትን ትስብእትን ሓደ ጌሩ፡ ንሱ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ከምዝኾነ ተናገረ።እንተ ዝፈልጥዎስ ነቲ በዓል ቤት ክብሪ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም ክብል ተዛረበ። 1ይ ቆሮ 2፡8።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፰ ክፍል ፲፫	**ምዕራፍ 58 ክፍሊ 13**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ በውስተ ዝንቱ መጽሐፍ ዘይሰመይ መልሕቅ ።	1 እዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ፡ ኣብቲ መልሕቅ ዝበሃል መጽሓፉ ደጊሙ ከምዚ በለ።
፪ ይቤ በእንተ ትንሣኤ ሥጋት ሰማዕነ ከመ ተንሥኡ ጎዳጣን ሰብእ ጎሠራን ወጎጡአነ አእምሮ በግብጽ ወቶንስ ወካልአንሂ እለ የጎድሩ ውስተ ገዳማት የአምኑ ከመ ዕልወተ ያርቃ።	2 ናይ ሥጋ ትንሣኤ ከምዘሎ ተዛረበ። ውርደተኛታት ኣእምሮ ዘይብሎም ውጉዳት ሰባት፡ ኣብ ግብጽን ቶንስን ከምዝተላዕሉ፡ ካልኦት ኣብ ገዳማት ዘለዉ ውን ከም ክሕደት ያርቃ ከም ዝኣምኑ ሰሚዕና ኣሎና።
፫ ወይቤሉ ከመ ሥጋ ይትነሣእ ወባሕቱ አኮ ውእቱ ዝንቱ አላ ይወጽእ እምኔሁ ካልእ ወእሉሰ ከመዝ ተፈልጡ ወሜጡ ጽድቀ እግዚአብሔር	3 ሥጋ ይትንሥእ፡ ግና ካብኡ ካልእ ኣካል ይርከብ ደኣ እምበር ዝትንሥእሲ ንሱ ኣይኮነን ይብሉ። ንሳቶምሲ ብከምዚ ተፈልዩ። ነቲ እግዚኣብሔር ዝበሎ ሓቀኛ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
ኀበ ከንቱ ወወለጡ ተስፋኑ ጽኑዐ። ዮሐ ፩፡፭፰-፴።	ነገር ናብ ሓሶት ለወጥዎ፡ ነቲ ጽኑዕ ተስፋ ትንሣኤና ውን ኣጥፍእዎ። ዮሓ 5፡28-30።
፬ ወበእንተ ዝንቱ አገበረነ ንትናገር እንከ በእንተ ግብረ እሉ ኢምእመናን እለ ይክሕዱ ትንሣኤ ለግሙራ በእንተ ዐመፃሆሙ ወእምብዙኃ ኃጢአቶሙ እንተ ተኀድር ላዕሌሆሙ ይጸልኡ ትንሣኤ በእንተ ኃሣር እንተ ትረክቦሙ እስመ ኢየአምርዎ ለእግዚአብሔር ወኢለትእዛዛቲሁ ወእሉሰ ሀለዎሙ ይትነሥኡ እንበለ ፈቃዶሙ።	4 ምእንት'ዚ ከኣ ዓመፃ ናይቶም ፈጺሞም ትንሣኤ ዝኽሕዱ ዘይኣምኑ፡ ናቶም ነገር ንክንዛረብ ኣገደደና። በታ ኣብኡም ኃዲራ ትሠርሕ ብዝኀ ኃጢኣትን ደኃር እትረክ ቦም ፍዳን ንተስፋ ትንሣኤ ይጸልኡ። ከመይ ንእግዚኣብሔር ኣይፈልጥዎን እዮም፡ ትእዛዛቱ ውን ኣይሕልዉ እዮም። እዚኣቶምሲ እንከይፈተዉ ኽትንሥኡ ኣለዎም።
፭ ወናሁ ኵሉ ፍጥረት ገሃደ ያስተኀፍርዎሙ ወያጤይቁነ አምሳለ ትንሣኤ እሙነ እስመ ሶበ የዐርብ ፀሐይ ንከውን በአምሳለ ዝንቱ ከመ ምውታን ወሶበ ይትፈጸም ሌሊት ይሠርቅ ብርሃን ወንነቅሕ እምንዋምነ ። መዝ ፲፱(፲፰)፡፬። ፻፬(፻፫)፡፲፱-፳፬። ሮሜ ፲፫፡፲፩-፲፫።	5 እንሆ ኵሉ ፍጥረት ብግልጺ የኀፍርዎም እዮም፡ ነገረ ትንሣኤ ውን ብሓቂ የረድኡና እዮም። ከመይ ፀሐይ ምስ ዓረበ ብናቱ ኣምሳል ከም ምውታን ኀኸውን። ለይቲ ምስ ተፈጸመ ፀሓይ ይወጽእ፡ ንሕና ውን ካብ ድቃስና ንነቅሕ። መዝ 19(18)፡4። 104(103)፡ 19-24 ። ሮሜ 13፡11-13 ።
፮ ወካዕበ ይሜህረነ አምሳለ ትንሣኤ ዘርእ ዘይቀውም ውስተ ገራህት እምድኅረ ይትመተር ወይትዐፀድ አምሳለ ፀአትነ እምዝየ ይትቀበር ውስተ ምድር ወእምድኅረ ተቀብረ ውስተ ምድር ይሠርፅ ዳግመ ወሰብእሂ እምድኅረ ተቀብረ ይትነሣእ። ፩ቆሮ ፲፭፡፴፮-፵፭ ዮሐ ፲፪፡፳፬-፳፭። መዝ ፻፬(፻፫)፡ ፳፱-፴፩።	6 ከምኡ ውን ድኅሪ ምዕባዱን ምቀራጹን ከም እንደገና ኣብ ግራት ዝዝራእ ዘርኢ ናይ ትንሣኤ ነገር የረድኣና እዩ። ምሳሌ ናይቲ ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ብሞት እንፍለዮ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ይዝራእ። ድኅሪ ምዝራኡ ድማ ካልኣይ ይበቀኦል፡ ሰብ ከኣ ምስ ተቐብረ ከም ብሓድሽ ይትንሥእ። 1ይ ቆሮ 15፡36-45። ዮሓ 12፡24-25። መዝ 104(103)፡29-31።
፯ ወአንበጣሂ እምድኅረ ሞተ ይትነሣእ እምነ ምድር እምልደት ዘወጽአ እምኔሁ ወፍሬያትሂ ይዘርኡ ወይመውቱ ቅድመ ውስተ ምድር ወእምድኅረ ዘመን ታወጽእ ምድር ዘተቀብረ ውስቴታ ወለእመሂ ኢሞቱ ኢየሐይዉ።	7 ኣንበጣ ድኅሪ ሙሚቱ፡ ካብቲ ኣካሉ ዝተረኽበሉ ካብ እንቋቕሓኡ ብምውላድ ካብ ምድሪ ይትንሥእ። ፍረታት ውን ይዝርኡ፡ ቅድም ኣብ ውሽጢ ምድሪ ይፈርሱን ይብስብሱን፡ ድኅሪ ብዙኅ ጊዜ እታ ምድሪ ነቲ ዝዘርኡላ ተብቀኦል። እንተ ዘይበስቢሶም ግና ኣይበቐኡን እዮም።
፰ እግዚአብሔር ልዑል ናሁ አርትዐ ለነ ትምህርተ ትንሣኤ እምአጽፋሪነ ወእም አክሊለ ርእስነ ዘውእቱ ጸጕርነ ዘንሔሊ ከመ ውእቱ ሠርጐ ርእስነ ይከውኑነ ስምዐ በእንተ ትንሣኤ።	8 እንሆ ልዑል እግዚኣብሔር፡ ብኣጽፋርናን ብኣኽሊል ርእስናን ናይ ትንሣኤ ነገር ኣረድኣና። እዚ ኸኣ እቲ ስልማት ርእስና ከምዝኾነ እንሓስቦ ጸጕርና እዩ። ብዛዕባ ትንሣኤ ምስክር ይኾኑና እዮም።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፱፷	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
፱ ለጸጉርሰ ይላጽይዎ ወእመ አኮ ይቀርጽዎ ወለአጽፋርሂ ይመትርዎሙ ወይሠርፁ ዳግመ ያኤምሩነ ተስፋ ትንሣኤ ።	9 ንጸጉሪ ይላጽይዎ ወይ ይቆርጽዎ፣ ንጽፍሪ ውን ይቈርጽዎ። ዳግማይ ከኣ ይበቁል። እዚ ኸኣ ነገረ ትንሣኤ የረድኣና።
፲ ወብዙኅ አምሳላት እለ አልቦሙ ጎልቀኑ ያዔውቁ ኢምእመናን ወዳዕሙ ያፍ ዘይሰመይ ቀፃ ወእንስሳሂ ዘይሰመይ አክሳስ ያኤምሩ ፈድፋደ እስመ ቀፃ ይመውት ወይነብር ፴ መዋዕለ ወእንስሳሂ ይመውት ፮ተ አዋርኃ ወእምድኅረ እማንቱ መዋዕል የሐይዉ ዳግመ።	10 ከምኡ ውን ቀጽሪ ዘይብሎም ብዙኃት ፍጥረታት ነቶም ዘይኣምኑ ሰባት የረድኡ እዮም። ሓዊ ለይቶን መራሕ ማይን ፈጺሞም የረድኡ እዮም። ሓዊ ለይቶ ምስ ሞተ 40 መዓልቲ ይጸንሕ፣ መራሕ ማይ ውን ምስ ሞተ 6 ወርኂ ይጸንሕ። እዚኣቶም ድኅሪ 40 መዓልትን ድኅሪ 6ተ ወርኅን ዳግማይ ይትንሥኡ።
፲፩ ወመክረዝሂ ሶበ ይመውቱ ይትቀበሩ ውስተ ምድር ወውስተ ድኵዕ ይት ከደኑ ወእምድኅረዝ የሐይዉ ዳግመ።	11 ሽሕ እግሩን ናይ ሓዊ ሓሸኻን ምስ ሞቱ ኣብ ምድሪ ኣብ ውሽጢ ድኹዒ ተቐ ቢሮም ይሓግዩ። ብድኅር'ዚ ይትንሥኡ።
፲፪ ወለምንትኑ እትናገር በእንተ ያፍ ዘስሙ ፌንክስ እስመ ስሙዕ ዜናሁ ኅበ ምእመናን ወኢምእመናን ከመ ውእቱ የሐዩ ፮ተ ፻ተ ዓመተ።	12 ስሙ ፌንክስ ናይ ዝበሃል ዑፍ እሞ ንምንታይ ክዛረብ፡ 500 ዓመት ከም ዝነብር፣ ዜናኡ ኣብቶም ዝኣምኑን ዘይኣ ምኑን ሰባት ዝተሰምዐ እዩ።
፲፫ ወሶበ አእመረ ከመ በጽሐ ዕለተ ሞቱ ያስተዳሉ ሎቱ ብዙኃ ዕቡረ ወይበጽሕ ኅበ ግብጽ ብሔረ ፀሐይ ወምስሌሁ ዝኩ ዕቡር ዘይሰመይ አብዱ ዘከመ ንባበ ግብጻውያን ወዕብራውያን።	13 ዝሞተሉ መዓልቲ ከም ዝበጽሐ ምስ ፈለጠ፣ ብዙኅ ፀብሪ ጭቃ ኣኪቡ ናብ ብርቱዕ ሙቐት ዘለዎ ናብ ግብጺ ይኸይድ። ብቋንቋ ግብጽን ዕብራውያንን ኣብዱ ዝበሃል ጭቃ ጎዙ ይኸይድ።
፲፬ ያስተጣግዕ ክነፊሁ በእንግድዓሁ ቀዊሞ ዲበ ዕቡር ወይጐድእ እንግድዓሁ በክንፊሁ ወይወጽእ እሳት እምአባሉ ወያውዒ ኵሎ አባሎ ወአዕፅምቲሁ።	14 ኣብ ልዕሊ ጭቃ ቆይሙ ንኣፍ ልቡ ብክንፉ የዋቕዕ። ነቲ ኣፍ ልቡ ውን ይወቅየ፣ ሽዑ ሓዊ ካብ ኣካሉ ወጺኡ ነቲ ኵሉ ኣካሉን ኣዕዕምቱን የቃጽሎ።
፲፭ ወበሥርዓተ እግዚአብሔር ልዑል ወስቡሕ ይወጽእ ደመና ዝናም ወይዘ ንም ወያጠፍእ እሳተ ዘወጽአ እምአባለ ዝኩ ያፍ ወይተርፍ ጎዳጥ እምአዕፅ ቲሁ ወይማስን በአሐቲ ዕለት።	15 በቲ ክቡርን ምስጉንን ትእዛዝ እግዚአብሔር ዝናም ዝንዝ ደመና ይመጽእ እሞ ይዘንም። ነቲ ካብ ኣካል እቲ ያፍ ዝወጸ ሓዊ የጥፍኦ። ካብቲ ኣዕዕምቱ ቁሩብ ይተርፍ፣ ብሓደ መዓልቲ ከኣ ይጠፍእ።
፲፮ ወይትፈጠር እምኔሁ ዕፄ ወይሠርፁ ሎቱ አክናፍ ለዝኩ ዕፄ ወይከውን ንዑሰ ያፈ ወአመ ሣልስት ዕለት ይትዌለጥ ወይጸንዕ ወያስተርኢ	16 ሓሸኻ ካብኡ ይርከብ። ነቲ ሓሸኻ ኸኣ ኣኽናፍ ይበቑለሉ እሞ ንእሽቶ ዑፍ ይኸውን። ኣብ ሣልስቱ ይዓቢን ይድልድልን። ነቶም ዝሓርሱን ዝኩዕቱን

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
ለላእካነ መካን ወለዘየአምሮ ለመካን ርቱዕ ወእምዝ ይትመየጥ ወየሐውር ውስተ መካኑ ዘወዕአ እምኔሁ ወይነብር ህየ።	ውን ይረኣዮም። ንቦታኡ መርሚሩ ዝፈልጥ ቅኑዕ እዩ። ብድጎር'ዚ ናብቲ ዝወጸሉ ቦታ ተመሊሱ ኣብኡ ይነብር።
፲፯ ወበእንተ ዘይብል ይትነሣእ ካልእ ህየንተ ዝኩ ሥጋ ንሕነ ንዜከር ዓዲ አእምሮተ ዘይደሉ ለዘይፈቅድ ይለቡ ወኢይፈቅድ ያስሕት ሕይወቶ ወንበል ኢይደልወነ ንክሐድ ትንሣኤ ሥጋነ እንተ ባቲ ኵሉ መዝገብ ወኵሉ ጥበብ ወተስፋ ኵሉ ሠናያት በከመ ተብህለ እስመ ብነ መዝገብ ውስተ ንዋየ ልሕኵት ወዘይተልዎ ለዝንቱ ነገር። ፪ቆሮ ፬፡፯-፲፭።	17 ብዛዕባ'ቲ "እዚ ሥጋ'ዚ ተሪፉ ካልእ ይትንሥእ" ዝብል፡- ኣቲ ክፈልጥ ዝደልን ንሰብነቱ ኽስሕት ዘይፈቱን ክፈልጥዎ ዝግባእ ንዛረብ ኣሎና። ፍጹም ክብሪ፡ ፍጹም ፍልጠት፡ ናይ ኵሉ ጽቡቕ ነገር ተስፋ ዝኸበላ ናይ ሥጋና ትንሣኤ ክንክሕድ ኣይግባእን እዩ ንብል። በቲ ዝበርስን ዝብስብስን ሰብነትና ውልድነት ዝስዕቦ ነገር ኣሎና ተባሂሉ ከምዝ ተነግረ። 2ይ ቆሮ 4፡7-11።
፲፰ ወንሕነሰ ንትጋደል ወንሕትት ወንፍቱ ንግበር ምሕረተ ለቢጽነ በእንተ ዕሤት ዘንረክባ አመ ትንሣኤ ሙታን።	18 ንሕናስ ምእንቲ እቲ ምውታን ኣብ ዝትንሥእሉ ጊዜ ንረኽቦ ዓስቢ ንጽዓር፡ ንመርምር፡ ንኣኀዋትና ውን ምምጽዋት ንፍቶ።
፲፱ ወዝንቱ ውእቱ ቀኖና ሃይማኖት ፍቅረ እግዚአብሔር ወከዊነ ስምዕ በእንተ ስመ እግዚአብሔር በስደት ወበ ምንዳቤ ወበኵነኔ ዘይከውን እምሰብእ።	19 ንእግዚኣብሔር ምፍታው፡ ብስደት፡ ብመከራ፡ ካብ ሰብ ብዝመጽእ ክቢድ ሥቓይ ምእንቲ ስም እግዚኣብሔር ምምስካር እዚ ሕጊ ሃይማኖትና እዩ።
፳ ወኢንክሐድ ትንሣኤ ሥጋነ አላ ንእመን እስመ ዘይዘራእ ውስተ ምድር ውእቱ ይትነሣእ ወመጽሐፍኒ ይሁበነ ፪ተ ስምዓተ እሙናነ ወጽዱቃነ እለ ያጸንዑነ ከመ ናእምር ቦሙ ተስፋ ትንሣኤ ወከመ ኢንደቅ ውስተ ስሕተት ዘሰብእ መፍቀርያነ ተውዳሰ ከንቱ።	20 ንትንሣኤ ሥጋና ኣይንኽሓድ። እቲ ኣብ ምድሪ ዝወድቕ ንሱ ከም ዝትንሥእ ንእመን እምበር ኣይንኽሓድ። መጽሓፍ ውን ዘጸናንዑና ፍጹማንን እሙናትን ክልተ መሰኻክር ይህበና። ነገረ ትንሣኤ ኽንድኦም፡ ኣብ ክሕደት ናይቶም ውዳሴ ኽንቱ ዝፈትዉ ሰባት ውን ምእንቲ ከይንወድቕ እዩ።
፳፩ አንሰ ኢይፈቅድ አምጽእ ብዙኀ ስምዓ እምብሉይ ወሐዲስ አላ እትናገር ኀጻጥ በእንተ ተስፋነ ወትንሣኤነ።	21 ኣነስ ካብ ብሉይን ሓዲስን ብዙኀ ምስክር ኣምጺኡ ክዛረብ ኣይፈቱን እየ። ብዛዕባ ትንሣኤናን ተስፋናን(መንግሥተ ሰማያት) ቁሩብ እዛረብ ኣሎኹ ደኣ እምበር።
፳፪ ወእብል ዘንተ ገሃደ ሶበሰ ይትነሣእ ካልእ ሥጋ በከመ ይብሉ እሙንቱ ሰብእ ለምንት ተብህለ ህለዎ ለዝንቱ ዘይትዌለጥ ይልበስ ዘኢይትዌለጥ ወዝንቱሰ ይከውኖሙ ለቅዱሳን እስመ እሙንቱ ይሴብሕዎ ወይበርሁ	22 ነዚ ገሊጸ እዛረብ ኣሎኹ። እቶም ሰባት ከምዝብልዎ፡ ካልእ ሥጋ ዝትንሥእ እንተኾይኑ ደኣ እዚ ዝልወጥ ሥጋ ንዘይ ምልዋጥን ገንዘብ ኽገብር ይግብኦ እዩ ንምንታይ ተባህለ፡ እዚ ውን ነቶም ቅዱሳን ይግበረሎም እዩ። ከመይ ንሳቶም ክኸብሩን፡ ብሩሃን ክኾኑን እዮም።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
ወይትዌለጡ በስብሐት እምድኅረ ትንሣኤ ። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፯-፶፱።	ድኅሪ ትንሣኤ ብኽብሪ ክልወጡ እዮም። 1ይ ቆሮ 15፡47-54።
፳፫ ወመጽሐፍሂ ያጸንዓነ በተስፋ ትንሣኤ እንዘ ይብል ኦ አብድ እስመ ዘትዘርእ አንተ ኢየሐዩ ለእመ ኢሞተ ወዝኒ ዘትዘርእ አኮ ዝንቱ ነፍስት ዘይትወለድ ዳዕሙ ዕራቃ ኅጠተ ትዘርእ ወእመኒ ዘሥርናይ ወእመኒ ዘባዕድ ወእግዚ አብሔር ይሁቦ ነፍስተ ዘከመ ፈቀደ። ፩ቆሮ ፲፭፡፴፮-፴፰።	23 መጽሓፍ፡ ብተስፋ ትንሣኤ ከምዚ እናበለ የጸናንዓና እዩ፡- ኣታ ዓሻ እቲ ንሸኻ እትዘርኦ ኽይሞተ ኣይበቕልን እዩ። እትዘርኦ ድማ ነቲ ፍረ እዩ እምበር ነቲ ዝበቁለ ቃንጫኡ ኣይኮነን። ናይ ሥርናይ ወይስ ኒሁግ ወይስ ናይ ካልእ ዓይነት ፍረ እንተኾነ እኳ እግዚኣብሔር ከምዝፈተዎ ገይሩ ቃንጫኡ ይህቦ። 1ይ ቆሮ 15፡36-38።
፳፬ ይቤ ዘንተ ስብሐተ ለእለ ይትነሥኡ ብሩሃነ ከመ ይክሥት ከመ እንታክቲ ኅጠት ዘትዘራእ ይእቲ ከመ እንታክቲ ኅጠት ዘትዘራእ ይእቲ ትሴባሕ ዘከመ ነገረ ጳውሎስ ሐዋርያ። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፪-፵፬።	24 ነቶም በሪሆም ዝነብሩ ሰባት እዚ ክብርዚ ተዛረቦ። ብርሃን ተኸዲና እትትንሥእ እታ ዝተቐብረት ሥጋ ከም ዝኾነት ንኸረድእ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተዛረቦ እዩ። 1ይ ቆሮ 15፡42-44።
፳፭ ወበወንጌልሂ ቅዱስ ተናገረ እግዚእ በእንተ ትንሣኤ እንዘ ይብል አማን አማን እብለክሙ እመ ኢወድቀት ኅጠተ ሥርናይ ውስተ ምድር ወኢሞተት ባሕቲታ ትነብር ወእመሰ ሞተት ብዙኃ ፍሬ ትፈሪ። ዮሐ ፲፪፡፳፬።	25 ኣብ ቅዱስ ወንጌል፡ ጐይታ ብዛዕባ ነገረ ትንሣኤ ከምዚ ክብል ተዛሪቡ እዩ ፍረ ሥርናይ ኣብ ምድሪ ወዲቓ እንተ ዘይሞተት በይና እያ እትነብር፡ እንተ ሞተት ግና ብዙኅ ፍረ ከም እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ዮሓ 12፡24።
፳፮ እስመ ሐዋርያ ዘከራ ለኅጠት ወመድኃኒነሂ አያቃ ለኅጠት ወከሠታ ከመ ይእቲ ሥጋሁ ባሕቲታ ምንተ ትብሎ አኮኑ እንታክቲ ኅጠት ዘተዘርኣት ሥጋሁ ይእቲ።	26 እቲ ሓዋርያ ብዛዕባታ ፍረ ተዛረበ። መድኃኒና ውን ፍረ ዝተባህለት ሥጋኡ በይና ከምዝኾነት ኣረዲኡ ገሊጹ እዩ እሞ እንታይ ትብሉ ኣሎኹም፡ እታ ዝተዘርኣት ዘርኢ ሥጋኡ ዶ ኣይኮነትን እያ፡
፳፯ ቦኑ ካልእ ዘተንሥአ እምነ መቃብር እምድኅረ ሠሉስ መዋዕል በከመ ይቤ መልአክ ናሁ ውእቱ ተንሥአ ወኢሀሎ ዝየሰ። ማቴ ፳፰፡፭-፯።	27 ብሓቂ ድኅሪ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ መቃብር ዝተንሥአ ካልእ ድዩ፡ እቲ መልኣኽ ንሱስ ተንሢኡ እዩ ኣብዚ መቓብር ውን የለን ከምዝበለ። ማቴ 28፡5-7።
፳፰ ወበከመ ይቤላ ለሊሁ ለማርያም ኢትልክፍኒ እስመ ዓዲ ኢዐረጉ ኀበ አቡየ ወበከመ አርአዮ ለቶማስ እደዊሁ ወእገሪሁ ወገቦሁ ወይቤሎ እመን ወኢትናፍቅ ወኢትኩን ዘአልቦ ሃይማኖት። ዮሐ ፳፡፲፮-፳፰።	28 ንሱ ክርስቶስ ንማርያም ገና ናብ ኣቦይ ኣይዓረግኩን እሞ ኣይትተንክፍኒ ከም ዝበላ፡ ንቶማስ ውን ዝተሸንከረ ኢድን እግሩን ዝተወግአ ጐድኑን ኣርእዩ እመን እምበር ኣይትጠራጠር ሃይማኖት ዘይብሉ ውን ኣይትኹን ከምዝበሎ እዩ። ዮሓ 20፡16-28።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
፳፱ ይቤሉ እለ አልቦሙ ሃይማኖት ከመ ውእቱ ኢተንሥአ ግሙራ ወእሉ ሙሱ ናነ ሃይማኖት ይብሉ ከመ እግዚእ ሰከበ ወአኮ ውእቱ ዘተንሥአ ወምእ መናንሰ ይብሉ ከመ ውእቱ ዘተንሥአ በሥጋሁ ወበዝንቱ ፩ዱ ሥጋሁ ዘአንሥአ ኮነ ተስፋ ዘበአማን።	29 ሃይማኖት ዘይብሎም ሰባት ንሱ ፈጺሙ ከም ዘይተንሥአ ተዛረቡ። እዞም ሃይማኖት ገኽሓዱ፣ ጐይታ ከምዝሞተ ግና እቲ ዝተንሥአ ንሱ ከምዘይኮነ ይዛረቡ ኣለዉ። እቶም ምእመናን ግና ብሥጋ ዝተንሥአ ንሱ ከምገኾነ ይዛረቡ። በቲ ዘተንሥአ ሓደ ሥጋኡ ውን ሓቀኛ ተስፋ ኮነና።
፴ ወበእንተ ዝንቱ አትረፈ ቦቱ ትእምርተ ቅንዋት ወኢያእተቶሙ ወኢሂ አሠረ ርግዘት ወቦአ እንዘ ዕፅው ኃዋኅው ወሥጋሂ ተንሥአ መንፈሳዌ ወአኮ ውእቱ ካልእ አላ ለሊሁ ዘኮነ ፩ደ ምስለ መለኮት ።	30 ምእንቲ'ዚ ሥምብራት ሽንካሩ ኣትረፈ፣ ኣየጥፍኣምን ውን። ናይቲ ብኵናት ዝተወግአ ሥምብራት ውን ኣየጥፍኦን። ብዕፅው ቤት ኣተወ፣ እቲ ሥጋ ውን ሕያው ኮይኑ ተንሥአ። እቲ ዝተንሥአ ምስ መለኮቱ ሓደ ገኾነ ንሱ እዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን።
፴፩ ወውእቱ ያጤይቅ ግብረ እስመ ልብሱ ዘይማስን ዘበአማን ኮነ ዘኢይማስን ወለእመኒ ምዕረ ሞተ እንከሰ ኢይመውት አላ ለብሰ ሕይወት ዘለዓለም። ሮሜ ፮፡፱-፲ ።	31 ንሱ ትንሣኤ የረድእ። እቲ ብሕማም ብሞት ዝልወጥ ሓቀኛ ሥጋኡ ዘይልወጥ ስለዝኾነ፣ ሓንሳእ እንተ ሞተ እኳ ድጎሪ ሕጂ ኣይመውትን እዩ። ንዘለዓለም ሕያው ኮይኑ ደኣ ይነብር። ሮሜ 6፡9-10።
፴፪ ቦአ እንዘ ዕፅው ኃዋኅው ከመ ይክሥት ግብሮ እስመ ለሥጋ ገዚፍ ረሰዮ ረቂቀ ። ዮሐ ፳፡፳፮ ።	32 ብዕፅው ቤት ኣተወ፣ ከሃልነቱ ኀኺረድእ ውን ነቲ ግዙፍ ሥጋ ረቂቕ ገበሮ። ዮሓ 20፡26 ።
፴፫ ወዘይመውት ኮነ ዘኢይመውት ወዘይማስን ኮነ ዘኢይማስን ከመ ያስተ ኃፍሮሙ ለኵሉሙ እለ ኢየአምኑ ትንሣኤ እንተ ይእቲ መድኃኒትነ በክርስቶስ ዘነሥተ ሥጋሁ ወረሰየ ትንሣኤሁ በመንፈስ ። ሮሜ ፩፡፬። ፮፡፭-፲፩። ዮሐ ፪፡፲፱-፳፪። ፲፡፲፰ ።	33 እቲ ዝመውት ዘይመውት ኮነ፣ እቲ ዝልወጥ ውን ዘይልወጥ ኮነ። በቲ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ዝፈለየ፣ ትንሣኤኡ ውን ብሥልጣኑ ዝገበረ፣ ብክርስቶስ ዝደኃናሉ ትንሣኤ ዘይኣምኑ ኵሎም ምእንቲ ከኅፍሮም። ሮሜ 10፡4። 6፡8-11 ዮሓ 2፡19-23። 1፡18።
፴፬ ወኢደምሰሰ ስቀ'ረተ ቅንዋት ወኢዐሠረ ኵናት አላ አያቀ እስመ ዘሐመ ዲበ ዕፀ መስቀል ኢሐማሚ ውእቱ በመለኮቱ ።	34 ነቲ ብቅንዋት ዝተሸንከረን ብኵናት ዝተወግአን ሥምብራት ኣየጥፍኦን። ኣብ ልዕሊ መስቀል ዝሓመመ ንሱ ብመለኮቱ ሕማም ዘይብሉ ከምገኾነ ደኣ ኣረድኦ እምበር።
፴፭ ጎጠትኒ ዘወድቀት ዘእንበለ ሙስና ተንሥአት ወከመ ኢየኀልዩሰ እስመ ክፍል እምኔሁ ተንሥአ ውእቱ ኵለንታሁ ኢርእየ ሙስና።	35 እታ ዝተቐብረት ሥጋ ውን ሙስና መቓብር ከይረኸባ ተንሥኣት። ካብ ኣካሉ ተኸፊሉ ተንሥኣ ንከይብሉስ ምሉእ ኣካሉ ሙስና መቓብር ኣይረኸቦን።
፴፮ ይቤ እስመ ናሁ ተንሥአ ኢሀሎ ዝየሰ ዘበአማን ተንሥአ ወአልቦ	36 እንሆ ንሱ ተንሢኡ እዩሞ ኣብዚ መቓብር የሎን በለ። ብሓቂ ተንሥኣ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
ውስተ መጻሕፍት ስሐተት አላ ሕይወተ ዚአነ እማንቱ።ዮሐ ፳፡፴፩። ሮሜ ፲፮፡፬ ።	መጻሕፍቲ ናትና ሕይወት እዮም እምበር ኣብኣም ስሕተት የልቦን። ዮሓ 20፡31 ሮሜ 15፡4።
፴፯ ወእለሂ ስሕቱ ኢያመክንዩ ምክንያተ አስተርእዮ ለቶማስ ወርእየ ወገሠሠ ሥጋ ወዐፅመ ወይቤ ለአርዳኢሁ ነጽሩ እስመ ለመንፈስ አልቦቱ ሥጋ ወኢዐ ፅም ዘከመ ትሬእዩኒ።	37 እቶም ንትንሣኤ ዝኾሓዱ ምእንቲ ከየመኽንዩ ንቶማስ ተራእዮ። ሥጋኡን ኣዕፅምቲን ዳህሠሠ፡ ንደቀ መዛሙርቲ ውን “ከምዚ ትርእዩኒ ንምትሓት ሥጋ የብሉን ኣዕፅምቲ ከምዘይብሉ ውን ፍለጡ” በለ።
፴፰ እመቦ ዘይቤ በዕበድ እስመ ሥጋ መድኃኒነ ምትሐት ውእቱ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ማርያም ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ውጉዘ ወርጉመ ለይኩን።	38 ነቲ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ናይ መድኃኒና ሥጋ ምትሓት ከምዝኾነ ብድንቂርና ዝዛረብ ሰብ እንተሎ ዝተወግዘ ዝተረግመ ይኹን።
፴፱ ኢተአምርኑ ከመ አዳም ወፅአ እምድር ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወዳዕሙ ኢይደሉ ናስተማስሎ ለፍጡር ምስለ ፈጣሪ ወተናገርነ ዘንተ በእንተ እለ ይብሉ እስመ ዘተወልደ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ምትሐት ውእቱ።	39 አዳም ብዘይ ዘርኢ ካብ ምድሪ ከምዝተረክበ ኣይትፈልጥን ዲኻ፡ ግና ንፍጡር ምስ ፈጣሪ ክንምስሎ ኣይግባእን እዩ። ምእንቲ እቶም ነቲ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ዝተወልደ ምትሓት እዩ ዝብሉ ሰባት ነዚ ተዛረብና።
፵ እመቦ ዘያበዝኅ ነገረ ወይብል እስመ ሥጋሁ ባሕቲቱ ተንሥአ ኵለንታሁ እሙታን ወዘዚአነሰ ኢይትነሣእ ወውእቱ ካልእ እምዘዚአነ እፎመ ይትበሀል ከመ እግዚእ ተንሥአ ወከመ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ ወቀዳሚሆሙ ውእቱ ለእለ ኖሙ ወተንሥኡ ወእፎመ ኮነ ክርስቶስ በኵረ ለዘኖመ ወተንሥአ ያእምሩ ዘንተ ወኢይትመየጡ ኀበ ካልእ ስሕተት።	40 ዘረባ ዘብዝኅ እቲ ናቱ ሥጋ ጥራይ ምሉእ ኣካሉ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥአ፡ ናትና ግና ኣይትንሥእን እዩ፡ ንሱ ካብ ባህርይና ፍሉይ እዩ ዝብል እንተሎ፡ ከመይ ኢሉ ደኣ ጐይታ ከምዝተንሥአን ምስ ሥጋኡ ሓደ ከም ዝኾነን ናይቶም ሞይቶም ዝተንሥኡ ሰባት ውን በኵሪ ከምዝኾነ ዝንገር፡ ከመይ ኢሉ ክርስቶስ ናይቲ ሞይቱ ዝትንሥእ ከመይ ኢሉ በኵሪ ኮነ፡ ዝብል ሰብ እንተሎ፡ ነዚ ይፍለጡ። ናብ ካልእ ክሕደት ውን ኣይመለሱ።
፵፩ ወኢየሐልዩ ከመ መጻሕፍት ይሔስዋ አንሥኡ ለአልዓዛር እምቅድሚሁ ወአንሥኡ ለወልደ መበለት በናይን ወኤልያስ አንሥኡ ፩ደ ምውተ ወኤልሳዕ አንሥኡ ፪ተ ምውታነ ፩ደ እንዘ ሕያው ውእቱ ወ፩ደ እምድኅረ ተቀበረ ሥጋሁ። ዮሐ ፲፩፡፵-፵፫። ሉቃ ፯፡፲፪-፲፭። ፪ነገ ፬፡፴፪-፴፰። ፲፫፡፳-፳፪።	41 መጻሕፍቲ ሓሶት ዝነግሩ ንከይመስሎም ውን፡- ቅድሚኡ ንኣልዓዛር ኣተንሥኡ፡ ኣብ ናይን ውን ንወዲ እታ ድኻ ኣተንሥኡ፡ ኤልያስ ኸኣ ሓደ ምዉት ኣተንሥኡ፡ ኤልሳዕ ውን ነቲ ሓደ ብሕይወት ከሎ ነቲ ካልእ ድማ ድኅሪ ሞቱ ክልተ ምውታን ኣተንሥኡ። ዮሓ 11፡8-45። ሉቃ 7፡12-17። 2ይ ነገ 4፡32-38። 13፡20-22።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
፵፪ ወባሕቱ እሉሰ እምድኅረ ተንሥኡ ሐይዉ ብዙኃ መዋዕለ ወእምዝ ዳግመ ሞቱ ወይእዜ ይሴፈዉ ትንሣኤ ዘጉባኤ።	42 ግና እዚኣቶም ምስ ተንሥኡ ብዙኅ ዓመት ጸንሑ፡ ብድኅር'ዚ ዳግማይ ሞቱ። ሕጂ ንትንሣኤ ዘጉባኤ ብተስፋ ይጽበዩ ኣለዉ።
፵፫ ወበእንተ ዝንቱ በከሪ ኮነ ክርስቶስ ለዘሰከበ ወተንሥአ ወኢይሜለጥ እንከ ላዕሌሁ ሞት በከመ ጽሑፍ በእንቲኣነ ምዕረ ሐመ ወሞተ ወተወገሠ ሕማምነ ወጥዕመ ሞተ ወሞቱሂ ዘበመስቀል ምዕረ ። ሮሜ ፮፡፤። ፊልጵ ፪፡፰። ፩ጴጥ ፫፡፲፰። ፩ጴጥ ፫፡፲፰።	43 ክርስቶስ ግና ዳግማይ ዘይመውት ስለ ዝኾነ፡ ሞይቱ ናይ ዝተንሥኡ በኵሪ ኮነ። ድኅሪ ሕጂ ሞት የብሉን። ምእንታና ሓንሳእ ሓመመን ሞተን፡ ሞቱ ኸኣ ሓንሳእ ኣብ መስቀል ዝኾነ እዩ ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ እዩ። ሮሜ 6፡10። ፊል 2፡8። 1ይ ጴጥ 3፡18።
፵፬ እግዚአብሔር ቃል መጽአ በፈቃዱ ለሞት ከመ ይሙት ሞተ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢሐመ በመለኮት አላ ሐመ በትስብእት ወቦቱ ተወክፈ ሕማመ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት።	44 እግዚኣብሔር ቃል ንከመውት ብፍቓዱ ሰብ ኮነ። ሞት ኻኸጥፍእ እቲ ቃል ሥጋ ስለተዋሓደ ብሰብነቱ እምበር ብመለኮቱ ኣይሓመመን። ብመለኮቱ ሕማም ዘይብሉ ከሎ ብሥጋ ነቲ ሕማም ናቱ ገበሮ።
፵፭ ወቦቱ ተወክፈ ሞተ እንዘ ውእቱ ሕይወት ወሕይወትሂ ኢይመውት ለግሙራ አላ መጽአ ያሕይወነ። ዮሐ ፩፡፩-፭።	45 ሕይወት እንከሎ ብሥጋ ንሞት ናቱ ገበረ፡ እቲ ሕይወት ንሱ ኻኸድኅነና ደኣ ሰብ ኮነ እምበር ፈጺሙ ኣይመውትን እዩ። ዮሓ 1፡1-5።
፵፮ ወሕይወትነሂ ኢኮነ በሰብእ ወኢእምነትነ በሰብእ እስመ ይቤ መጽሐፍ ይኩን ርጉመ ዘይትአመን በእጓለ እመሕያው ። ዘዳግ ፳፯፡፲፩።	46 ድኅነትና ድማ ብዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። እምነትና ውን ብዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። መጽሓፍ ውን ብዕሩቕ ብእሲ ዝኣምን ርጉም ይኹን ኢሉ ኣሎ።ዘዳግ 27፡15።
፵፯ ምንተ ንብል በእንተ እለ ይብሉ ከመ ክርስቶስ ሰብእ ባሕቲቱ እንዘ ክሡት በጎበ ኵሉ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ወንሕነሰ ነአምን ዘእንበለ ኑፋቄ ከመ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሰብአ ወአኮ በምትሐት አላ እሙነ።	47 ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ከምዝኾነ ብኵሉ ዝፍለጥን ርዱእን ከሎ፡ ብዛዕባ እቶም ክርስቶስ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኾነ ዝዛረቡ ሰባት እንታይ ክንብል ኢና፧ ንሕና ግና እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ከምዝኾነ ብዘይጥርጥር ንኣምን ኢና። ብሓቂ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር ብሓሶት ኣይኮነን።
፵፰ ወአኮ ሰብእ ባሕቲቱ ወእምዝ ተጸገወ መለኮተ ወኢኮነ ተስፋነ ወመድኃኒትነ እምጎበ ሰብእ።	48 ዕሩቕ ብእሲ ኮይኑ ደኃር መለኮት ዝኃደሮ ኣይኮነን። ተስፋናን መድኃኒትናን ካብ ዕሩቕ ብእሲ ዝተረኽበ ኣይኮነን።
፵፱ ወኢክህለ መኑሂ እምኵሉ ዘኮነ እምአዳም እስከ ይእዜ ይግበር መድኃኒተ ዘእንበለ እግዚአብሔር ቃል ከመ ኢይኩን ተስፋነ ሙሱነ እመ ኮነ በሰብእ አላ ለሊሁ አምላከ ጽድቅ ኮነ ሰብአ።	49 ብዘይ እግዚኣብሔር ቃል፡ ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሎሚ ካብዚ ኵሉ ዝተፈጥረ ማንም ዝኾነ ከድኅነና ኣይከኣለን። ተስፋና ካብ ሰብ ኮይኑ ከንቱ ምእንቲ ከይከውን፡ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ ሰብ ኮነ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰	ዘኤጲፋንዮስ ም. 58
፶ ወከዮሉ ሊቀ ካህናት ዘይሠየም እምኀበ ሰብእ ይሠየም በእንተ ሰብእ በከመ ጽሑፍ ወበእንተ ዝንቱ እግዚእ መጽአ ወተሠገወ እምእገለ እመሕያው ወኮነ እግዚአብሔር ቃል ሰብአ ከመ የሀበነ መድኃኒተ በመለኮቱ ወይሙት ቤዛነ በትስብእቱ።	50 ብመጽሓፍ ከም ዝተነግረ፡- ኵሉ'ቲ ካብ ሰብ ወገን ዝሽየም ሊቀ ካህናት ምእንቲ ሰብ ይሽየም። ምእንቲዚ ድማ ጐይታ ካብቲ ላዕለዋይ ዓለም ናብዚ ምድራዊ ዓለም መጺኡ ካብ ሰብ ወገን ተወልደ። ኣምላኽ ብምኻኑ ንኽድኅነናን፡ ሰብ ብምኻኑ ንኣና በጃ ኮይኑ ንኽሞተልናን እግዚአብሔር ቃል ሰብ ኮነ።
፶፩ ወሠዐረ ሕማመነ በሕማሙ ወኣሞቶ ለሞት በሞቱ ወኢበጽሐ ሕማም ለመለኮት ሐሰ ለሞቱ ለመለኮት እምነ ሕማም እስመ ቃል ቅዱስ ሠምረ ይትወከፍ ሕማመ በሥጋሁ እንዘ ኢየሐምም በህላዌ መለኮቱ።	51 ብሕማሙ ሕማምና ሠዓረ። ብሞቱ ውን ንሞት ኣጥፍኡ። ንመለኮት ብባህሪኡ ሕማም ኣይረኸቦን፡ መለኮት ይሓምም ይመውት ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። ብባህርየ መለኮቱ ሕማም ዘይብሉ ኣካላዊ ቃል፡ ብሥጋ ሕማም ክቕበል ፈተወ።
፶፪ ወምሳሌሁ ለዝንቱ ከመ ብእሲ ዘለብሰ ልብሰ ወተክዕወ ላዕሌሁ ደም ወአርስሐ ወኢበጽሐ ደም ኀበ ሥጋ ለባሲሁ ወርስሐተ ደም ይትኄለቀኑ ለለባሲሁ እንዘ ኢይበጽሖ ርስሐት ከመዝ ሶበ መጽአ ክርስቶስ እምሰማያት ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት በከመ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ ቅዱስ እስመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ በእንቲኣነ ወአንትሙኒ ተወልተዉ በዝንቱ አምሳል። ፩ጴጥ ፫፡፲፰። ፬፡፩።	52 ናይ'ዚ ምሳሌኡ ኸኣ፡- ደም ዝተነጽገሉን ዝተጸየቐን ክዳን ከም ዝተኸድነ ሰብ እሞ እቲ ደም ናብቲ ዝተኸድኖ ከምዘይበጽሕ፡ በዚ ኸኣ ደም ዘይበጽሖ ከሎ ደም ዝተኸድነ ሰብ መጸ ከምዝበሃል እዩ። ከምኡ ድማ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ምስ ወረደ ብባህሪኡ ሕማም ዘይረኸቦ ከሎ ብሥጋ ሓመመ። ቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስ ክርስቶስ ምእንታና መከራ ተቕበለ፡ ንሸኻትኩም ውን በዚ ምሳሌ'ዚ ብሥጋ መከራ ተቕበሉ ከምዝበለ። 1ይ ጴጥ 3፡18። 4፡1።
፶፫ ወከመዝ ዘከመ ደም ዘውስተ ልብስ ይትኄለቀኑ ለለባሲሁ ከማሁ ይትኄለቀኑ ሕማመ ሥጋ ለመለኮት እንዘ ኢየሐምም በምንትኒ መለኮት ከመ ኢይኩን ተስፋ ኵሉ ዓለም በሰብእ ረሰየ ትስብእቶ ይትወከፍ ሕማመ ከመ ይኩን ድኅነተ ዓለም በመለኮት ዘኢየሐምም።	53 ኣብ ክዳን ዝተነጽገ ደም ነቲ ዝተኸድኖ ከምዝንገር፡ ከምኡ ኸኣ መለኮት ብባህሪኡ ምንም ዘይሓምም ከሎ፡ ሕማም ሥጋ ንመለኮት ይንገር። ናይ ኵሉ ሰብ ተስፋ ምድኃኑ ብዕሩቕ ብእሲ ምእንቲ ኸይከውን፡ ድኅነት ዓለም ውን ብዘይሓምም መለኮት ምእንቲ ክኸውን ሥጋኡ መከራ ከም ዝቕበል ገበረ።
፶፬ እስመ መለኮት ኢይደክም ወኢይሐምም ዘተጽሕፈ ሎቱ ሕማም ከመ ይትፈጸም ዘተጻሕፈ ሶበሰ አእመሩ እምኢሰቀልዎ ለእግዚአ ስብሐት።	54 መለኮት ብባህሪኡ ኣይሓምምን ኣይደክምን እዩ። እንተዝፈልጥዎስ ነቲ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ኣይምሰቕልዎን ነይሮም ተባሂሉ ንዝተነግረ ምእንቲ ክፍጸም ደኣ ደኸመ ሓመመ ተባህለ።
፶፭ ተሰቅለ እግዚእነ ወንሕነኒ ንሰግድ	55 ጐይታ ተሰቐለ። ንሕና ድማ ነቲ ዝተሰ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፰ ፡ ም. ፶፱

ለዘተሰቀለ በእንቲአነ ወንሕነኒ ንሰግድ ለዘተሰቅለ በእንቲአነ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት ወዐርገ ሰማያተ።ፊልጵ ፪፡፭-፲፩።

፶፮ አ ዕሙቅ ብዕለ ጥበቡ ለእግዚአብሔር ወአእምሮቱ ዘኢይት ዐወቅ። ሮሜ ፲፩፡፴፫ ።

፶፯ ንሕነሰ ነአምር ጎዳጠ ወብዙኀሰ ኢይትከሀለነ በጺሑቱ በከመ ጽሑፍ እስመ በከመ ዘያርኀስ እምነ አሐቲ ነጥበ እምባሕር ዓቢይ ከማሁ ንሕነሂ ንትናገር ጎዳጠ እምአእምሮተ እግዚ አብሔር ወንዜኑ ሥርዓቶ ወትርጓሜ ሀብተ ተሰፋነ ።

፶፰ በዘይሠምር አብ በፈቃዱ ለወልድ ወበሥምረቱ ለመንፈስ ቅዱስ በዝንቱ ሥርዓት ዘእግዚአብሔር ይሰብካ መጻሕፍት ትንሣኤ ክሡተ። መዝ ፻፱(፻፲)፡፭። ሮሜ ፬፡፳፭ ።

፶፱ ወንዕቀብ ፍጻሜ በአስተርእዮተ አካሉ ለቃል ወፍጻሜ ሕግ ዝውእቱ ክርስቶስ በከመ ተጽሕፈ ። ዘዳግ ፲፰፡፲፰። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፯። ኢሳ ፷፫፡፱ ። ሮሜ ፲፡፬ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፶፱

፩ በዓይ መካን ይትረከብ ዘኢዘከረ መጽሐፍ ትንሣኤ ቅድመ ዘከረ ደመ አቤል ጻድቅ እምድኅረ ሞቱ ወዓዲ ይቤ መጽሐፍ አፍለሶ እግዚአብሔር ለሄኖክ ወኢተረክበ ወኢርእየ ሞተ እስመ አሥመሮ ለእግዚአብሔር። ዘፍ ፭፡፳-፲።፩፡፭፡፳፬። ዕብ ፲፩፡፭-፮።

፪ ወኖኅ ገብረ ታቦተ በትእዛዘ እግዚአብሔር ወገብረ ዳግመ ልደተ ለሰብአ ቤቱ ወአብርሃምኒ ረስአ ወሞተ ሥጋሁ ወረከበ ወልደ ወወሀበ እግዚአብሔር ተሰፋ እም፪ቱ ሙታን

ዘኤጲፋንዮስ ም. 58 ፡ ም. 59

ቐለን ዝሞተን ዝተቐብረን፡ አብ ሣልሳይ መዓልቲ ውን ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥአን ናብ ሰማያት ዝዓረገን ንሰግድ። ፊል 2፡6-11።

56 እዚ ዘይምርመር ናይ እግዚአብሔር ፍልጠቱ፡ ከምኡ ውን ምልኣትን ስፍሐትን ጥበቡ ክንደይ ይረቅቕ እዩ፡ ሮሜ 11፡33።

57 ንሕና ጎደት ኢና ንፈልጥ። ብዙኅ መርሚርና ክንፈልጥ ኣይከኣለናን እዩ። ከም ዝተጻሕፈ፡- ካብቲ ዓቢይ ባሕሪ ጎደት ማይ ከም ዝሰቲ ሰብ፡ ንሕና ውን ከምኡ ካብ ፍልጠት እግዚአብሔር ቁንጣሮ ንዛረብ ኣሎና። ትንሣኤኡን እቲ ተስፋ ምሥጢር ትንሣኤናን ንምህር ኣሎና።

58 ቡቲ ብፍቓድ **አብን** ብፍቓድ **ወልድን** ብፍቓድ **መንፈስ ቅዱስን** ብዝተፈጸመ ትንሣኤ ጐይታ፡ ኑቲ ናትና ትንሣኤ መጻሕፍቲ ገሊጾም የሪድኡ እዮም። መዝ 12(11)፡5 ። ሮሜ 4፡25።

59 ብናይ ቃል ናይ ኣካሉ ምግላጽን ብሕጊ ፍጻሜነቱን እምነትና ነጽንዕ። ንሱ ድማ ክርስቶስ እዩ፡ ከምዝተጻሕፈ። ዘዳግ 18፡18። መዝ 118(117)፡27። ኢሳ 63፡9። ሮሜ 10፡4።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 59

1 መጽሓፍ፡ ብዛዕባ ትንሣኤ ዘይጠቕሶ ዓንቀጽ ኣበይ ይርከብ፧ ድኅሪ ሞቱ ቅድሚ ኮሉ ደም ጻድቕ ኣቤል ዘከረ። ከምኡ ውን መጽሓፍ፡- እግዚኣብሔር ንሄኖክ ኣዕሪግዎ እዩ እሞ ኣይተረኽበን፡ ንሞት ውን ኣይረኣየን። ከመይ ንእግዚ አብሔር ኣሐጉስዎ እዩ፡ በለ። ዘፍጥ 4፡4-10። 5፡21-24። ዕብ 11፡4-6።

2 ኖኅ ብትእዛዝ እግዚአብሔር መርከብ ሠርሐ፡ ንወገናቱ ድማ ዳግም ልደት ገበረ። ኣብርሃም ውን ኣሪጉ ኣካሉ ሙቐትን ልምላሜን ተፈልይዎ ነበረ። ወዲ ውላድ ረኸበ፡ እግዚኣብሔር ሙቐት

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
እስመ ማሕፀና ለሣራ ኮነ ምውተ። ዘፍ ፮፥፲፫-፳፪። ፰፥፲፰-፳፪። ፲፰፥፱-፲፩። ሮሜ ፬፥፩-፳፫።	ካብ ዝተፈልዮም ካብ ክልቲኦም ንይስሓቕ ኣርከበ። ከመይ ማኅፀን ሣራ ካብ ሙቕትን ልምላሜን ተፈልዩ ነይሩ እዩ። ዘፍጥ 6፥13-22። 8፥18-22። 18፥9-11። ሮሜ 4፥1-23።
፫ ወነቅዕኒ ዘየብሰ ረከበ ኃይለ ዳግመ ከመ ያውዕእ ዘርኢ ወፀንሰት አረጊት ከመ ወለት ውርዙት ይስሐቅ ተውህበ ለአቡሁ እምነ ሞት ለሕይወት እስመ እምፃማ ፪ቱ ምውታን ወህቦ እግዚ አብሔር ለአቡሁ ወልደ እንዘ ሕያው ወሰከበ በተስፋ ። ዘፍ ፳፩፥፩-፰። ፳፪፥፲፪። ዕብ ፲፩፥፲፮።	3 ካብ ሙቕትን ልምላሜን ዝተፈልየ ኣካል፡ ውላድ ንሽምጽእ ዳግማይ ሙቕትን ልምላሜን ረኸበ። እታ ኣረጊት ሣራ ውን ከም ውዕይቲ ጐርዞ ፀነሰት። ይስሓቕ ካብ ሞት ብሕይወት ንኣቦኡ ተዋህበ። ካብዞም ሙቕትን ልምላሜን ዝተፈልዮም ክልተ ድጎሪ እርግና፡ እግዚኣብሔር ነቲ ብሕይወት ዘሎ ወዱ ንኣቦኡ ሃቦ። ዘፍጥ 21፥1-8። 22፥12። ዕብ 11፥16።
፬ ያዕቆብ አያቀ ግብረ ወኢጎደገ አዕፅምቲሁ አላ ጽሕቀ ሎቱ በእንተ ተስፋሁ ዳግማይ ከመ ውእቱ ኢይማስን አላ የሐዩ ዳግመ ወአዘዘ ይንሥእዎ ወያዕርግዎ እምግብጽ። ዘፍ ፶፬፥፳፬። ግብ ሐዋ ፯፥፲፭-፲፮ ።	4 ያዕቆብ ንትንሣኤ ኣረድኣ። ኣዕፅምቱ ኣብ ግብጺ ኽተርፍ ኣይፈተወን፡ ብዛዕባ ዳግማይ ተስፋኡ ሓሰበ። ንከይጠፍእን ዳግማይ ብሕይወት ንክነብር ደኣ፡ ካብ ግብጺ ንሽውጽእዎ ኣዘዘ ። ዘፍጥ 49፥29። ግብ ሓዋ 7፥15-17 ።
፭ ወዮሴፍሂ ዘንተ ኢያስተተ በሀኬት አላ አዘዘሙ እንዘ ይብል ንሥኡ አዕፅ ምትየ ወአዕርግዎ ምስሌክሙ አመ ሐውጸ ሐወጸክሙ እግዚአብሔር እስመ አልቦ ተስፋ ትንሣኤ ለአዕፅ ምት ምንትኑ ዘከመዝ ጸሕቆሙ ለእሉ ጻድቃን ከመ ያማኅጽኑ በእንተ አዕፅ ምት ሙሱናን። ዘፍ ፶፥፳፭-፳፮። ዕብ ፲፩፥፳፪።	5 ዮሴፍውን ነዚ ብድኻም ሸለል ኣይበሎን። “እግዚኣብሔር ኣብ ዝበጽሓኩም ጊዜ ኣዕፅምተይ ምሳኻትኩም ጎዝኩምዎ ውፁ” ኢሉ ደኣ ኣዘዞም። ኣዕፅምቶም ተስፋ ትንሣኤ እንተ ዘይነብሮ፡ ፈራሶም በስቢሶም ዝተርፉ እንተ ዝኾኑ ነይሮም ደኣ ኣዕፅምቲ ጎዝኩም ውፁ ኢሎም ንኽእዝዙ ነዞም ቅዱሳን ኣበው እንታይ ኣትግሆም፡ ዘፍጥ. 50፥24-25። ዕብ. 11፥22።
፮ ቀዳሜ ነገር ዘኮነ ኀበ ሙሴ ነቢይ ምእመኑ ለእግዚአብሔር ይቤሎ እግዚአብሔር አነ ውእቱ አምላከ አብርሃም ወአምላከ ይስሐቅ ወአምላከ ያዕቆብ እሉ እለ ሰከቡ በውስተ ዓለም ወበኀ ቤሁሰ ሕያዋን እሙንቱ። ዘፀአ ፫፥፮። ሉቃ ፳፥፴፯-፴፱። ግብ ሐዋ ፯፥፴-፴፯።	6 ካብ ኮሉ ዝቕድም፡ ብእግዚኣብሔር ነቲ እሙን ነቢይ ሙሴ ዝተነግረ ነገር ኣሎ። እግዚኣብሔር “ናይ ኣብርሃምን ይስሓቕን ያዕቆብን ፈጣሪ ኣነ እየ” በሎ። እዚኣቶም ካብዚ ዓለም ዝሞቱ እዮም፡ ብእኡ ግና ሕያዋን እዮም። ዘፀ. 3፥6።ሉቃ 20፥37-39። ግብ ሐዋ. 7፥30-37።
፯ ወፆዱ መንፈስ ውእቱ ዘተናገረ በኦሪት ወበወንጌል እስመ ለዝኒ ዓዲ ዘከሮ መድኃኒነ ለሰዱቃውያን እለ ይብሉ	7 ኣብ ኦሪትን ኣብ ወንጌልን ዝተናገረ ሓደ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ነዚ ውን መድኃኒና ክርስቶስ ነቶም ትንሣኤ ምውታን የልቦን

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
አልቦ ትንሣኤ ሙታን ወዘተናገረ በነቢያት ውእቱ ይትናገር በዝየ። ማቴ ፳፪፥፳፫-፴፫ ።	ዝብሉ ሰዱቃውያን ደጊሙ ተዛሪብዎ እዩ። ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ዝተዛረበ ንሱ በዚ ተዛረበ መሃረ። ማቴ 22፡23-33።
፰ ወዓዲ ትሜህረነ በዝንቱ በትረ አሮን እንተ የብሰት እምብዙኅ ዓመታት ወሶበ ተወድየት ውስተ ደብተራ ስምዕ እምቀዳሚ ሰዓተ ሌሊት እስከ ጽባሕ ሠረፀት ወጸገየት ወፈረየት ወዕውቅ ዝነገር በኀበ ኵሉ እስመ ዕፅ ልምሉም ይነብር ዓመተ ፍጹመ ዘውእቱ ፲፪ ወ፪ቱ አውራኅ እንዘ ይትለአክዎ ወይሠቅይዎ ወያስተማውቆ ፀሐይ በመዓልት ወጠልሂ ያሠርያ በሌሊት እስከ ይፈሪ ወዛቲሰ በትር ይብስት በአሐቲ ሌሊት አሕመልመለት ወአሥረፀት ቈጽለ ወአፍረየት ከርካዐ ፍጹመ። ዘኍ ፲፯፡፩-፲፪።ዘፀአ ፳፭፡፴። ግብ ሐዋ ፯፡፵፬። ዕብ ፱፡፩-፭።	8 ካብ ብዙኅ ዓመታት ጀሚራ ነቒጻ ዝነበረት በትረ ኣሮን ነዚ ዳግማይ ተረድኣና እያ። ካብ መጀመርታ ሰዓት ለይቲ ክሳዕ ንግሆ ኣብታ ኣምልኮት ዝፍጸመላ ድንኳን ምስ ኃደረት፡ ለምሊማ ዓምቢባ ኣፍርያ ተረኽበት። ሓደ ተኽሊ ክሳዕ ዘፍሪ፡- ምሉእ ዓመት ማለት 12 ወርኂ እናጸሃይዎ እናኰስኰሰዎ ማይ እናስ ተይዎ፡ ፀሓይ ብመዓልቲ እናመቓን ብለይቲ ውን ጠሊ እናለምለሞን ከም ዝነብር ነገሩ ብኾሉ ወገን ፍሉጥ እዩ። እታ ዝደረቐት በትሪ ግና ብሓደ ለይቲ ለምለመት፡ ቈጽሊ ኣውጽኣት፡ ብሱል ካዕካዕ ለሚን ውን ኣፍረየት። ዘኍ.17፡1-12። ዘፀ. 26፡30። ግብ ሐዋ. 7፡44። ዕብ 9፡1-5።
፱ ወካዕበ ከሠተ እግዚአብሔር ምሳሌ ትንሣኤ እንተ ትከውን እምነቤሁ በፀኒሶታ ለኤልሳቤጥ ዘከመ መርሐ ሕግ ዘከሠታ እግዚእ ወዘቀዳሚሰ ውእቱ ዘርእ ዘከመ ሥርዓት ወእግዚ አብሔር ረሰየ ማኅፀነ ዘሞተ እምብዙኅ አዝማን ያወጽእ ዘርአ ዘተፈጸመ ቦቱ ፅንስ ወይለድ እምድኅረ ተፍጻሜተ ፱ቱ አውራኅ ። ሉቃ ፩፡፷፫-፸፮ ።	9 ከምኡ ውን እግዚኣብሔር ነታ ብፍቕዱ እትኸውን ነገረ ትንሣኤ ብዕንሰት ኤልሳቤጥ ኣረድኣ። እታ ጐይታ ዝሠርዓ ወንጌል ከምትብሎ፡- ሙቐትን ልምላሜን ከሎ ምዕናስ ልሙድ እዩ። እግዚኣ ብሔር ግና ካብ ብዙኅ ዓመታት ጀሚሩ ካብ ሙቐትን ልምላሜን ተፈልዩ ንዝነበረ ማኅፀን፡ ዕንሲ ዝፍጸመሉ ዘርኢ ኽንረክብን ድኅሪ ፍጻሜ 9ተ ወርኂ ከምዝወልድን ገበረ። ሉቃ 1፡23-57።
፲ አኮ ዘከመዝ ግብር ዘይከውን በትንሣኤ አላ በጊዜ ይትነፋሕ ቀርን ይትነሥኡ ምውታን ዘከመ አርአየ እግዚአብሔር አምሳለ በበትር እንተ አፍረየት ከርካዐ በውስተ ደብተራ። ፩ተሰ ፬፡፲፮ ።	10 ኣብ ትንሣኤ ግና ከምዚ ዝበለ ኣይግበርን እዩ። “ንቓሕ መዋቲ” ዝብል ድምፂ ምስ ተሰምዐ ምውታን ይትን ሥኡ ደኣ እምበር። ከምቲ እግዚኣብሔር በታ ኣብ ድንኳን ለሚን ዘፍረየት በትሪ ምሳሌኡ ዘረድኦ እዩ።1ይ ተሰ. 4፡16።
፲፩ ወዕፀው ዘይትበላዕ ፍሬሆሙ ኢይሠዊ ፍሬሆሙ ዘእንበለ በ፲ቱ ወ፪ቱ አውራኅ ዘከመ ይትፈጸም ጻዕፃዕ በውስተ ማኅፀን ወይትጋባእ በብዙኅ አዝማን ወበትንሣኤሰ በአሐቲ ሰዓት ይትፈጸም ወይትነሣእ ናእምር እንከ ኃይለ እግዚአብሔር ዘኢይክል መኑሂ ይትቃወም ፈቃዶ።	11 ፍሪኦም ዝብላዕ ኣእዋም፡ 12 ወርኂ ከይገበሩ ፍሪኦም ኣይበስልን እዩ። ዕንሲ ኣብ ማኅፀን ኣብ ነዊሕ ጊዜ ፍጹም ኮይኑ ከም ዝዓቢይ፡ ኣብ ትንሣኤ ግና ብሓንቲ ሰዓት ፍጹም ኣካል ዘለዎ ኮይኑ ይትንሥእ። ከምዚ ካብ ዝኸውን እም በኣር፡ ነቲ ሓደ እኳ ንፍቕዱ ክቃወሞ ዘይከኣሎ ሥልጣን እግዚኣብሔር ንፍለጥ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
፲፪ ወእለሰ ኢየአምኑ ይስምዑ እንከ ነገሮ ለሙሴ አመ ይቤሎ እግዚአብሔር ምንትዝ ዘውስተ እዴከ ወይቤ በትርየ ይእቲ እመሰ በትር ኮነት ይብስተ ወለዛቲ በትር ይብስት ገብረ ላቲ እግዚአብሔር ነፍሰ ወአኮ ነፍሰ ባሕቲታ አላ ኮነት ካልአ እምፍጥረታ ወኮነ ላቲ ካልእ አርአያ ውስተ ህላዌሃ። ዘፀአ ፬፡፪-፭ ።	12 እምበላር እቶም ትንሣኤ ዘይአምኑ ናይ ሙሴ ነገር ይስምዑ። እግዚአብሔር “እዚ ኣብ ኢድካ ዘሎ እንታይ እዩ፡” ምስ በሎ “በትረይ እያ” በሎ። እታ በትሪ ንቕጽቲ ካብ ኮነት፣ ነዛ ዝነቐጸት በትሪ ኸኣ እግዚአብሔር ደማዊት ነፍሲ ኣጎደረላ፣ ነፍሲ ጥራይ ዘይኮነ ውን ካብ ባህሪኣ ተለዊጣ ካልእ ፍጥረት (ተመን) ኮነት። ካብ ባህሪኣ ምትሓት ዘይኮነ ካልእ መልክዕ ተረኽበላ። ዘፀአ 4፡2-5።
፲፫ ወአኮ ምትሐት እስመ ግብረ እግዚአብሔር ጽድቅ ወአኮ ምትሐት አላ ርቱዕ ውእቱ በኵሉ ናሁ ዘበአ ማንአሥመረ ልብነ ሙሴ ነቢይ እስመ ሶበ አእመረ ከመ ይእቲ አርዌ ምድር እሙነ ወአኮ ምትሐት ጐየ እምኔሃ።	13 ሓሶት ኣይኮነን። ከመይ ሥራሕ እግዚአብሔር ሓቂ እዩ እምበር ሓሶት ኣይኮነን። ብኵሉ ሥራሑ ሓቂ እዩ። እንሆ ነቢይ ሙሴ ንልብና ብሓቂ ኣረድኣ። ምኽንያቱ ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ተመን ምድሪ ከምዝኾነት ምስ ፈለጠ ካብኣ ሃደመ።
፲፬ ወከመ ኢይትዐቀፉ በዝንቱ መፍቀርያነ ተቃውሞ ወኢይበሉ እስመ እግዚአብሔር ከሠተ ለሙቱ ካልአ ሥጋ ዘከመ ፈቀደ ያእምሩ መቅድመ ኵሉ እስመ እግዚአብሔር ኢአዘዘ መነሂ እምነፍሳት ይንሣእ ሥጋ ህየንተ ሥጋ ዘፈጠረ ለሙቱ እምትካት።	14 ክትዕ ዝፈትዉ በዚ ንከይጠራጠሩ፡- “እግዚአብሔር ፈትዩ ካልእ ኣካል ፈጢሩሉ” ምእንቲ ከይብሉ፣ ማንም ካብ ፍጡራን ካብቲ ጥንቲ ዝተፈጥረሉ ኣካል ወጻኢ ካልእ ኣካል ገንዘብ ንኽገብር እግዚአብሔር ከምዘይኣዘዘ ቅድሚ ኵሉ ይፍለጡ።
፲፭ ወለሥጋሁኒ ለበትር ዘገብሮ ከይሴ ረሰዮ አምሳለ ትንሣኤ ሙታን ወኢረሰዮ እግዚአብሔር ለውእቱ ከይሲ ለኮነኔ ወኢፈቀደ ይኰንኖ ለከይሲ ህየንተ በትር አላ ረሰየ ትእምርተ ትንሣኤ በበትር።	15 ነቲ ተመን ዝገበሮ ናይ በትሪ ኣካል ውን ምሳሌ ናይ ትንሣኤ ምውታን ገበሮ። እግዚአብሔር ውን ነቲ ተመን ንፍርዲ ኣይገበሮን፣ ነቲ ተመን ውን ክንዲ በትሪ ክፈርደሉ ኣይፈተወን። ነቲ ምልክት ትንሣኤ ደኣ ብበትሪ ኣረድኣ እምበር።
፲፮ ወከሠተ እግዚአብሔር ጎይሎ ከመ ኢይትረከብ በውስተ ሰብእ ኢአማኒ እስመ ከሀሊ ውእቱ በኵሉ ግብር ወገብረ ዘንተ እሙነ ወኢያንሥአ ክፍለ እምነ በትር አላ አንሥአ ኵለንታሁ በከመ ፈቀደ።	16 እግዚአብሔር ብበትሪ ሥልጣኑ ገለጸ። ንኵሉ ክገብር ዝኽኣሎ ከም ዝኾነ፣ ካብ ሰብ ወገን ዘይኣምን ንከይርከብ ነዚ ብሓቂ ገበረ። ካብ በትሩ ከፊሉ ኣየተንሥኣን። ከም ዝፈቐዶ ደኣ ምሉእ ኣካሉ ኣተንሥኣ እምበር።
፲፯ እስመ ገብረ እሎንተ አምሳላተ ዘከመዝ ከመ ይኩን ተስፋ ሕይወት ዘለዓለም ከመ እለ ውስተ መቃብር ይትነሥኡ እጼውየ ሊተ ከመ ይኩነኒ ስምዐ ለምእመን ሊቀ ነቢያት ሙሴ።	17 እዚ ኵሉ ብኽምዚ ምሳሌ ትንሣኤ ገበረ። ነቶም ምውታን ተስፋ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኽጸንዓሎም፣ ኣብ መቓብር ዘለዉ ከምዝትንሥኡ መስካሪ ንኽኾነኒ ነቲ እሙን ሊቀ ነቢያት ሙሴ እጽውየ ኣሎኹ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
፲፰ እስመ ሶበ አበሰ ሮቤል ረገሞ ያዕቆብ አቡሁ አበ አበው ቅዱሳን እንዘ ይብል ሮቤል ወልድየ በኵርየ ኮነ ወአግዘፈ ክሣዶ ወገብረ ዕፁባተ ቈረ ከመ ማይ እስመ ዐርገ ዲበ ምስካበ አቡሁ ወአርኰሳ ለይእቲ ምስካብ እንተ ዲቤሃ ዐርገ።	18 ሮቤል ምስ በደለ፥ ኣቦ ናይቶም ዝኸበሩ 12ተ ነገድ ዝኾነ ኣቦኡ ያዕቆብ፥- “በኵሪ ወደይ ሮቤል ተገፋዒ ኮነ፥ ክሳድ ልቡናኡ ኣትረረ፥ ዕፁብ ሥራሕ ሠርሐ፥ ከም ማይ ቈረረ፥ ከመይ ናብ መደቀሲ ኣቦኡ ደዪቡ፥ ነቲ ኣቦኡ ዝደየቦ ምንጻፍ ኣርኪስዎ እዩ እሞ ካብ ሙቐት ጸጋ ይፈለ፥” ክብል ረጊምዎ ነበረ።
፲፱ ወይቤሎ ቈረ ከመ ማይ በምግባረ ኃጢኣት ኢይገብእ ይሙቅ እንከ በምግባረ ጽድቅ ወወጽአ ዝንቱ ነገር ከመ አቡሁ ፈትሐ ላዕሌሁ ፍትሐ ሞት ሶበ አበሰ። ዘፍ ፵፱፥፫-፭።	19 “ኃጢኣት ብምሥራሑ ሙቐት ጸጋ ይስኣን፥ ትሩፋት ሠሪሑ ውን ሙቐት ጸጋ ኣይርከብ” በሎ። ምስ በደለ ኣቦኡ ፍርዲ ሞት ከምዝፈረዶ እዚ ነገርዚ ተዛረበ። ዘፍጥ 49፥3-5።
፳ ወናሁ ከሠተ ለከ ሙሴ ምሳሌሁ ሶበ ፈቀደ ይባርክ ፲ተ ወ፪ተ ነገደ እስራኤል አእሚሮ ከመ ውእቱ ሌዋዊ ካህን ወበእደ ካህን ይትጎደግ ኃጢኣት ወይቤ አኃሥሦ ለሮቤል ይሕየወኒ ወኢይመውተኒ። ዘዳግ ፴፫፥፮-፯። ዘሌዋ ፬፥፴፭።	20 እንሆ ሙሴ ካብ ወገን ሌዊ ዝተወልደ ካህን ከምዝኾነ፥ ብቃል ካህናት ውን ኃጢኣት ከምዝሥረ ፈሊጡ፥ ነቶም 12ተ ነገድ ክባርኽ ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፥ “ንሮቤል እደልዮ እየ፥ ይድኃነለይ እምበር ኣይሙተኒ” ብምባል ነገሩ ገለጸ። ዘዳግ 33፥1-6። ዘሌዋ 4፥35።
፳፩ እፎኑ የሐዩ እንከ በክልኤቱ ፻ት ወ፶ቱ ዓመት እምድኅረ ሞተ ወዳእሙ አእሚሮ ከመ ይከውን ትንሣኤ ለኵሉ ወይረክቡ ዳግመ ሞተ ኃጥአን ዘውእቱ ኃፍረት በዕለተ ኵነኔ ፈቀደ ይፍትሖ እምኵነኔ እንተ ትከውን ድኅረ ይቤ አኃሥሦ ለሮቤል ይሕየወኒ ወኢይመውተኒ በእንተ ትንሣኤ።	21 ድኅሪ 203 ዓመት ብድኅሪ ሞቱ ከመይ ኢሉ ይድኅነለይ በለ። ትንሣኤ ንኵሉ ከምዝግበርን ንኃጥኣን ካልኣይ ሞት ማለት በቲ መዓልቲ ፍርዲ ገጽ ምስኣን ኅፍረት ከምዝረኸቦምን ፈሊጡ፥ ካብቲ ደኃር ዝመጽእ ፍዳ ኸድኅኖ ፈትዩ፥ ትንሣኤ ንምርዳእ “ንሮቤል እደልዮ እየ ይድኅነለይ እምበር ኣይሙተኒ” በለ።
፳፪ ወዝንቱ ያጤይቅ ከመ ውእቱ የሐዩ ወኢይመውት ይብል ዘንተ ከመ ኢይርከቦ ሞት ዳግመ በውስተ ደይን በኃፍረት ወኵነኔ ዘለዓለም።	22 እዚ ውን ንሱ ኽትንሥእን ሞተ ነፍስ ንከይረኸቦን ከምዝኾነ የረድእ። ኣብቲ መዓልቲ ፍርዲ ገጽ ብምስኣን ኅፍረትን ካልኣይ ሞት ናይ ዘለዓለም ኵነኔን ምእንቲ ከይረኽቦን እዚ ተዛረበ።
፳፫ ሶበሰ ኢኮነ ዝንቱ ጻሕቁ እምኢይቤ ሮቤል ይሕየወኒ ወኢይመውተኒ አላ በእንተ ጻሕቁ ይነግረነ በምሳሌ በዘሀሎ ይኩን ይቤ ሮቤል ይሕየወኒ ወኢይመውተኒ መኑ ይክል ያስተጋብእ ኵሎ ስምዐ በእንተ ተስፋነ ወአስተርእዮተ ትንሣኤ እንተ ትከውን እሙነ።	23 ፍቓድ ሙሴ ንሮቤል ካብ ፍዳ ንምድኃንን ትንሣኤ ከምዘሎ ንምርዳእን እንተ ዘይከውንሲ፥ ሮቤል ይድኃነለይ ኣይሙተኒ ኣይምበለን ነይሩ። ፍቓዱ እዚ ስለዝኾነ፥ ክግበር ንዘለዎ ብምሳሌ ኽነግረና ሮቤል ይድኃነለይ ኣይሙተኒ በለ ደኣ። ብዛዕባ መንግሥተ ሰማያትን፥ ብሓቂ ስለ እትኸውን ትንሣኤን ዝተነግረ ኵሉ ምስክር ኣምጺኡ ክዛረብ ዝኽእል መን እዩ ፧

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
፷፬ ወለእመኒ ይቤሉ እሉ መናፍቃን መፍቀርያነ ተውዳሰ ከንቱ ወተቃዋ ምያን በከንቱ መንፈቆሙ እምውታን ይትነሥኡ ወመንፈቆሙ ኢይትነሥኡ አው ለእለ ይቤሉ ቦ ዘይትነሣእ ክፍል እምሥጋሆሙ ወቦ ዘይትነሥኡ ፍጹማነ ናወሥአሙ እንዘ ንብል ዝንቱሰ አድልዎ ኢይደሉ በእግዚ አብሔር ሐሰ ሎቱ ለእግዚአብሔር ይግበር ዘንተ ።	24 ፈተውቲ ውዳሴ ከንቱን ብነገረ ሓሶት ዝከራኸሩን እዞም መናፍቓን፡- ካብቶም ዝሞቱ ሰባት ፍርቆም ክትንሥኡ እዮም፣ ፍርቆም ግና ኣይክትንሥኡን እዮም ዝብሉ፣ ወይ ውን ካብ ኣካሎም ተኸፊሉ ዝትንሥእ ኣሎ፣ ብምሉእ ኣካሎም ውን ዝትንሥኡ ኣለዉ ዝብሉ እንተ ደኣ ኣልዮም፣ ነዚ ኣድልዎ እዚ ኣብ እግዚኣብሔር ምዝራብ ኣይግባእን፣ እግዚኣብሔር ከምዚ ኣይገብርን እዩ ኢልና ንምልሰሎም።
፷፭ ወይእዜኒ ንኅሥሥ በውስተ መጻሕፍት ለእመ ቅዱሳን ዘአንሥኡ ሙታነ እመ ኢያንሥኡ ኮሎ ሥጋሆሙ ኤልያስ ሶበ አንሥአ ወልደ መበለት ዘሰራጵታ ተንሥአ ኮለንታሁ ወኢተነድገ ምንትኒ እምአባሉ ወዘሂ ተገድፈ በአዕፅምተ ኤልሳዕ ነቢይ ተንሥአ ኮለንታሁ ወኢተነድገ ምንትኒ እምአባሉ። ፩ነገ ፲፯፡፲፯-፳፬። ፪ነገ ፲፫፡፳-፳፪ ።	25 እቶም ምውታን ዘተንሥኡ ቅዱሳን፣ ንምሉእ ኣካሎም ዘየተንሥኡ እንተኾይኖምሲ መጻሕፍቲ ንመርምር። ኤልያስ ንወዲ እታ ሰራጵታዊት መበለት ምስ ኣተንሥኦ፣ ምሉእ ኣካሉ እዩ ዝተንሥአ ካብ ኣካሉ ምንም ዝኾነ ኣይተረፈን። ኣብ ልዕሊ ኣዕፅምቲ ነቢይ ኤልሳዕ ዝተደርበየ ምዉት ውን ምሉእ ኣካሉ ተንሥአ ካብ ኣካሉ ምንም ኣይተረፈን። 1ይ ነገ 17፡17-24። 2ይ ነገ 13፡20-22።
፷፮ ወአልዓዛር ዘአንሥኦ እግዚእነ ወኢተነድገ እምአባሉ ምንትኒ ውስተ መቃብር አላ ለሊሁ ተንሥአ ኮለን ታሁ ምስለ አልባሲሁ ወኮሉ መግነዝ ዘተገንዘ ቦቱ ወንሕነሰ ኢንፈቅድ አልባሰ በትንሣኤ ወበከመ አዳም ኢኮነ ይፈቅድ አልባሰ እምቅድመ የአብስ። ዘፍ ፪፡፳፭። ዮሐ ፲፩፡፴፱-፵፭።	26 እቲ ጐይታና ዘተንሥኦ ኣልዓዛር ውን ካብ ኣካሉ ኣብ መቓብር ምንም ኣይተረፈን። ምስቲ መግነዝ ዝተገንዘን ተኸፊኑ ዝተጠቕለሎን ምሉእ ኣካሉ ደኣ ተንሥኦ እምበር። ንሕና ኣብ እንትን ሥኣሉ ጊዜ ግና ክዳን ኣይንደልን ኢና። ከምቲ ኣዳም ቅድሚ ምብዳሉ ክዳን ዘይደሊ ዝነበረ እዩ። ዘፍ. 2፡25። ዮሓ. 11፡39-45።
፷፯ ወለዘፅዱ ለእመ ወልደ መበለት በናይን አንሥአ ኮለንትናሁ ወለወልደ ሀቤ ምእት ወለወለተ ኢያኢሮስ ሊቀ ምኵራብ አንሥአ ኮለንታሆሙ ንኅድግ እምኔነ ዘንተ ሕሊና ከንቶ ዘይሔልይዎ እሙንቱ ከመዝ እስመ ውእቱ ኢያነሥእ ክፍለ ወኢያተርፍ ክፍለ ወንነጽር ዘንቡር ለነ እምዘኮነ ወኮነ አረቦነ ተስፋ። ሉቃ ፯፡፲፪-፲፭። ፰፡፵፩-፶፮።	27 ንኣዲኡ ሓደ ዝኾነ ወዲ እታ መበለት ውን ኣብ ናይን ንምሉእ ኣካሉ ኣተንሥኡ። ወዲ'ቲ ሓለቓ ሚእትን ጓል እቲ መራሒ ምኵራብ ኢያኢሮስን ምሉእ ኣካሎም ኣተንሥኡ። “ነቲ ንሳቶም ንሱ ከፊሉ የተንሥእ፣ ከፊሉ ውን የትርፍ” ኢሎም ዝዛረብዎ ከንቱ ሕሊና ካባና ነርሕቕ። ከመይ ንሱ ከፊሉ ኣየተንሥኡን ከፊሉ ውን ኣየትረፈን። ነቲ ብዝተገብረ ሥራሕ ተገሊጹ ዝተጻሕፈልና፣ ፈላሚ ትንሣኤ ዝኾነልና ንፍለጥ። ሉቃ 7፡12-16። 8፡41-56።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
፳፰ ሄኖክ ፈለሰ ኮለንታሁ ወኢርእየ ሞተ እስከ ዛቲ ዕለት ወለኤልያስሂ ተለዓለ ኮለንታ ሥጋሁ ወኢርአየ ሞተ እስከ ይእዜ ከመ በክልኤቱ ሥጋ ሕያዋን ይጽናዕ ኀቤነ ትንሣኤ ፍጹመ ወኢይኩን እምኔነ መኑሂ ንፉቀ ልብ ናሁ አንበረ ለነ ክልኤተ አምሳላተ እምነ ቀደምት ለትንሣኤነ ። ዘፍ ፭፡፳፬-፳፬። ፪ነገ ፪፡፲፩። ማቴ ፲፮፡፳፰። ዕብ ፲፩፡፭።	28 ሄኖክ ውን ምሉእ ኣካሉ ዓረገ፡ ክሳዕ ለሚ ኣይሞተን። ኤልያስ ውን ምሉእ ኣካሉ ዓረገ፡ ክሳዕ ለሚ ኣይሞተን። ብኣካል ናይዞም ክልተ ሕያዋን ንኣና ትንሣኤ ንምርዳእን ካባና ሓደ እኳ ተጠራጣሪ ምእንቲ ከይህሉን ካብቶም ቀዳሞት ሰባት ነዞም ክልተ ናይ ትንሣኤና ምሳሌ ገሩ ኣቐመጠልና። ዘፍ 5፡20-24። 2ይነገ 2፡11። ማቴ 16፡28። ዕብ 11፡5።
፳፱ ጎኖክ ኢግዙር ውእቱ ወኢከልአ ቁልፈቱ ፈሊሰ ወሀሎ ሥጋሁ ሕያወ ወኤልያስ ግዙር ውእቱ ወኢየሐሊ መኑሂ ከመ ቦ ዘይትነሣእ እሙታን ወቦ ዘኢይትነሣእ አላ ለኵሉ ውእቱ።	29 ሄኖክ ዘይተገዝረ እዩ በለ፡ ዘይምግዛሩ ግና ካብ ምዕራግ ኣይከልከሎን፡ ሥጋኡ ብሕይወት ኣሎ። ኤልያስ ግዙር እዩ። “ካብ ምውታን ዝትንሥእን ዘይትንሥእን ኣሎ” ኢሉ ሓደ እኳ ኣይሕሰብ። ከመይ ትንሣኤ ኻኦሉ እዩ።
፴ ኤልያስ ድንግል ወጎሩይ በድንግልና በዓለመ ሕይወት ዐርገ ምስለ ሥጋሁ ወከመ ኢየሐልዩ ሰብእ ከመ ትንሣኤ በድንግልና ባሕቲቱ እስመ ጎሩይ ውእቱ ወቦቱ ይትነሣእ ሥጋ ናሁ ሄኖክ አውሰበ ወወለደ ውሉደ ወእሉ ክልኤቱ ሀለዉ ሕያዋነ በነፍስ ወሥጋ በእንተ ተስፋ ትንሣኤ።	30 ንምምሃር ዝተኃርየ ኤልያስ ድንግል እዩ። ብድንግልና ምስ ሥጋኡ ናብ ዓለመ ሕይወት ዓረገ። ሰባት፡- ትንሣኤ ብድንግልና ጥራይ እዩ ዝኸውን፡ ሥጋ ውን ብድንግልና እዩ ዝትንሥእ ኢሉም ምእንቲ ከይሓስቡ፡ እንሆ ሄኖክ ተመርዕዩ ወሊዱ ነበረ። ተስፋ ትንሣኤ ንምርዳእ እዞም ክልተ ብነፍስን ሥጋን ከይሞቱ ሕያዋን ኮይኖም ኣለዉ።
፴፩ ወዓዲ ከመ ኢይትዐቀፍ መኑሂ አውረደ ብዙኃነ ሕያዋነ ውስተ ገሃነም ምስለ ሥጋሆሙ ከሠተት ምድር አፉሃ ወውሕጠቶሙ ለዳታን ወለአቤሮን ወወረዱ ውስተ ገሃነም በነፍሶሙ ወበ ሥጋሆሙ ወመጠዎሙ ለኮነኔ በይእቲ ሰዓት ውስተ ገሃነም ወኢሌለየ ሥጋ ሆሙ ወኢመጠወ ክፍለ እምአባሎሙ አላ መጠዎሙ ለኮነኔ በነፍስ ወሥጋ። ዘኍ ፲፮፡፳-፴፬። መዝ ፻፮(፻፭)፡፲፯።	31 ከምኡ ውን ብነፍሲ እምበር ብሥጋ ፍዳ የልቦን ኢሉ፡ ማንም ዝኾነ ንከይጠራጠር ድማ ብዙኃት ኣሎና ኣሎና እናበሉ ብሥጋኦም ናብ ገሃነም ኣውረዶም። ምድሪ ተኸፊታ ንዳታንን ኣቤሮንን ውሓጠቶም። ብሥጋኦምን ነፍሶምን ናብ ገሃነም ወረዱ። በታ ሰዓት እቲኣ ንፍዳ ኣጎሊፉ ሃቦም። ብነፍስን ብሥጋን ንፍዳ ኣጎሊፉ ሃቦም ደኣ እምበር። ነቲ ሥጋኦም ካብ ነፍሶም ኣይፈለዮን፡ ካብቲ ኣካሎም ከፊሉ ፈልዩ ውን ኣየስጠሞን። ዘኍ 16፡20-34። መዝ 106(105)፡17።
፴፪ ይቤ ኢዮብ እስከ ማዕዜኑ እንከ እከውን ምስለ ዝንቱ ሥጋ ዘቱሥሕ ምስሌየ እንዘ አንተ ትሔድሰኒ ወውርዙትየሂ ይትሔደስ ከመ ንሥር	32 ኢዮብ ውን “ንሸኻ ከተሐድሰኒ፡ ዝኣረገ ሰብነተይ ውን ከም ንሥሪ ክሕደስ እዩ፡ ምሳይ ምስ ዝተዋሓደ እዚ ሥጋ እዚ ክሳዕ መኣስ ክነብር እየ፡” በለ።

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
ወኢሳይያስኒ ነቢይ ይቤ ሙታን ይትነሥኡ ወየሐይዉ እለ ውስተ መቃብር ወእለሂ ውስተ ሲኦል እስመ አነ እፈትሖሙ ለእሡራን በኃይል ። ኢሳ ፷፮፡፲፱ ።	ነቢይ ኢሳይያስ ውን “ምውታን ክትንሥኡ እየም፡ አብ መቓብር አብ ሲኦል ዘለዉ ክድኅኑ እየም። ብሞት ዝተአሥሩ ውን ብኃይሊ ክፈትሖም እየ” በለ። ኢሳ 26፡19።
፶፫ ወካዕበ ይቤ ኢዮብ ቦኑ ዘሰከበ ኢይትነሣእ ወኢይትመየጥኑ ይርአይ መካኖ እስመ ትንሣኤ ኢይከውን ኮሎ አሚረ አላ መጠነ ላቲ ይኩን አሐተ ዕለተ ወከሠታ ለይእቲ ዕለት ወአግሀዳ። ፩ተሰ ፩፡፩-፪። ዕብ ፲፩፡ ፶፭-፶ ። ፪ጴጥ ፫፡፲-፲፫።	33 ከምኡ ውን ኢዮብ፡- “ብሓቂ እቲ ዝሞተ ዝተቐብረ ሰብ ኣይትንሥእን ድዩ፡ ነቲ ቦታኡ ክርኢስ ኣይምለስን ድዩ፡” በለ። ትንሣኤ ሓደ መዓልቲ ንክኸውን ደኣ ወሰነላ እምበር ኮሉ ጊዜ ኣይከውንን። ነታ መዓልቲ እቲኣ ውን ገሊጹ ኣረድኣ። 1ይ ተሰ 5፡1-6። ዕብ 11፡39-40። 2ይ ጴጥ 3፡10-13።
፶፬ ወዳዊት ነቢይ ይቤ ዘኖመሰ ኢይነቅሕኑ እንከ ወካዕበ ይቤ ታወፅእ መንፈሶሙ ወየኀልቁ ወይገብኡ ውስተ መሬቶሙ ትፈኑ መንፈሰከ ወይት ፈጠሩ ወትሔድስ ገጸ ለምድር። መዝ ፶፭(፶)፡፰። ፻፬(፻፫)፡፳፱-፴፭።	34 ነቢይ ዳዊት ውን “ዝሞተስ ከዶ ኣይትንሥእን ድዩ፡” በለ። ደጊሙ ውን “ንነፍሶም ካብ ሥጋኦም ክትፈልያ ኢኻ፡ ክሞቱ፡ ናብ መሬት ውን ክምለሱ እየም። ሥልጣንካ ክትልእኽ ኢኻ፡ ክትን ሥኡ እየም፡ ገጽ ምድሪ ውን ክትሕድስ ኢኻ፡” በለ። መዝ 41(40)፡8። 104 (103)፡29-31።
፶፭ እስመ ሥጋት ይሄልዉ ውስተ ምድር እስከ ሶበ ይመጽእ እግዚእ አሜሃ ይጠወም ሰማይ ከመ ክርታስ ወታገብእ ምድር ማኅፀንታ በከመ ይቤ ዕዝራ ነቢይ ወእምድኅረ ሰቡዕ መዋ ዕል ይነቅሕ ዓለም ዘአልቦ አመ ነቅሐ።	35 ክሳዕ ጐይታ ዝመጽእ ሥጋታት ኣብ ውሽጢ መቓብር ክህልዉ እየም። ሽዑ ሰማይ ከም ብራና ክጥቕለል እዩ፡ ምድሪ ውን ሓደራኣ ክትመልስ እያ። ነቢይ ዕዝራ ከምዝበሎ፡- ሸውዓተ ዕለታት ምግብና ምስ ተፈጸመ፡ ሰብ ዘይተንሥኣሉ ጊዜ ክትንሥእ እዩ።
፶፮ ወይሴስል ዓለም ዘመዋቲ ወምድርኒ ታወፊ እለ ሰከቡ ውስቴታ ወመሬትኒ እለ አዕረፉ ውስቴታ ወባሕርኒ ወማኅ ደር ያገብኡ ዘተሰይሙ ውስቴቶሙ ነፍሳተ። ሱቱ እዝ፡ ፭፡፶፭-፶፰።	36 መዋቲ ሰብ ዝነብረሉ ዓለም ክኃልፍ እዩ። ምድሪ ነቶም ኣብ ውሽጣ ዝተቐ ብሩ ክትህብ እያ፡ መሬት ውን ነቶም ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ክትህብ እያ። ባሕርን ገኑትን ሲኦልን ውን ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ነፍሳት ክህቡ እየም። ሱቱ እዝ 5፡31-33
፶፯ ወካዕበ ይቤ ይቤለኒ መልአክ ተሰአላ ለዕንስት እምከመ ተፈጸማ ፱ አውራኅ እመ ትክል ማኅፀና አጽንያ ዘተፈጥረ ውስቴታ ወእቤሎ ኢትክል እግዚኦ።	37 ደጊሙ እቲ መልኣኽ፡- “ትሸዓተ ወርኂ ምስ ኣኸለ ነቲ ኣብ ማኅፀና ዘሎ ዕንሲ ከተትርፍ ትኽእል እንተኾይና ነታ ዕንስቲ ሰበይቲ ሕተታ” በለኒ። ኣነ ድማ “ኣ ጐይታይ ኣይትኽእልን እያ በልክዎ” በለ።
፶፰ ወይቤለኒ ሲኦልሂ ወአብያተ መንፈሶሙ ለጻድቃን ከመ ማኅፀን እሙንቱ ወበከመ ትጐጕዕ ማኅፀን	38 እቲ መቓብር ንናይ ነፍሳት ጻድቃን መዕ ቐብን ከም ማኅፀን እየም። እታ ማኅፀን ከምታ ብሕማም ሕርሲ ተታጒዛ

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
ለወሊድ በሕማም ወከማሁ ምድርሂ ትጐጕዕ ታውፊ ዘውስተ ማኅፀና እለ እምፍጥረተ ዓለም ነበሩ ውስቴታ።	ንምውላድ እትህወኽ፡ ምድሪ ውን ነቶም ዓለም ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ንኽትህብ ከምኡ ትህወኽ እያ፡ በለኺ' በለ።
፴፱ ዮሐንስኒ ረአዬ ኅቡዓት ይቤ ወእምዝ ርኢኩ መንበረ ዓቢየ ወፀዓዳ ወእምዘ ይነብር ላዕሌሁ ንጉሥ ዓቢይ ጐዩ እምቅድመ ገጹ ሰማይ ወምድር ወኀጥኡ መካነ።	39 ነቲ ሥዉር ምሥጢራት ዝረኣየ ዮሓንስ ውን ከምዚ በለ፡- ብድኅሪ'ዚ ግሩም ብሩህ ዝፋንን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝፋን ዝተቐመጠ ግሩም ንጉሥን ርኣኹ። ካብ ቅድሚ ገጹ ዝተላዕለ፡ ሰማይን ምድርን ሃደሙ፡ ቦታ ውን ሰኣኑ።
፴ ወእምዝ መጽኡ ኵሎሙ ምውታን ዓቢይ ወንኡስ ወቆሙ ቅድመ መንበሩ ወከሡቱ ኵሉ መጻሕፍተ ወለመጽሐፈ ሕይወትሰ እንተ ባሕቲታ ከሠትዋ።	40 ብድኅር'ዚ ኵሎም ምውታን ዓበይትን ናኣሽቱን ተንሚኦም፡ ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ደው በሉ። ኵሎም መጻሕፍቲ ውን ተገንጸሉ፡ ነታ ድኅነት ዝርከበላ ወንጌል ግና ንበይና ገንጸልዋ።
፴፩ ወተኰነኑ እልክቱ ሙታን በከመ ጽሑፍ ውስተ ዝንቱ መጽሐፍ በከመ ገብሩ ወአግብኦት ባሕርኒ ኵሉ ምውታነ እለ ውስቴታ ወአግብኡ ሲኦል ወሞት ዘነቤሆሙ ኵሎ ሙታነ ወአግብኦት ምድርኒ እለ ሀለዉ ውስቴታ ሙታነ።ራእ ዮሐ ፳፡፲፭-፲፮።	41 እቶም ምዉታን ድማ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍ ተጻሒፉ ዘሎ፡ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ባሕሪ ውን ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ምውታን መለሰት፡ መቓብርን ሞትን ውን ኣብኣቶም ዘለዉ ምውታን መለሱ። ምድሪ ውን ኣብኣ ዘለዉ ኵሎም ምውታን መለሰት።ራእ ዮሐ 20፡11-15።
፴፪ ወሕዝቅኤልኒ ነቢይ ይቤ መጽአ ላዕሌየ መንፈሰ እግዚአብሔር ወአውጽአኒ መንፈስ ገዳመ ወምልእት ይእቲ አዕፅምተ ወአኀለፈኒ ዐውዶሙ ወብዙኃን ጥቀ እሙንቱ በገጸ ምድር ወይቡሳን ጥቀ።	42 ነቢይ ሕዝቅኤል ውን በለ፡- እስትንፋስ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ኣደረኒ፡ መንፈስ ቅዱስ ናብ ኣዕፅምቲ ዝመልኣት በረኻ ወሰደኒ። ኣዚሩ ከኣ ኣርኣየኒ። እንሆ ኸኣ ኣብ ገጽ ምድሪ ኣዝዮም መሊኦም ብዙኃት ነበሩ ፈጺሞም ዝነቐጹ ኸኣ ነበሩ።
፴፫ ወይቤለኒ ወልደ እጓለ እመሕያው ቦኑ ይትነሥኡ እሉ አዕፅምት ወእቤሎ ለሊከ ተአምር እግዚኦ ወይቤለኒ ተነበይ በእንተ እሉ አዕፅምት ወበሎሙ አዕፅምት ይቡሳን ስምዑ ቃለ እግዚአብሔር ከመዝ ይቤ እግዚአብሔር እግዚእ ለእሉ አዕፅምት ናሁ ለበዊዕ ውስቴትክሙ መንፈሰ ሕይወት ወተሐይዉ ወአዐርግ ላዕ ሌክሙ ሥጋ ወአሠርፅ ላዕሌክሙ ማዕሰ ወእወዲ ውስቴትክሙ መንፈሰ	43 “ኣታ ወዲ ሰብ ብሓቂ እዞም ኣዕፅምቲ ክትንሥኡ ድዮም፡” በለኒ። “ኦ ጐይታ ንሸኻ ትፈልጥ” በልክዎ። “ብዛዕባ እዞም ኣዕፅምቲ ተነበ። ኣቲም ንቑጻት ኣዕፅምቲ ቃል እግዚኣብሔር ስምዑ ኢልካ ንገሮም። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነዞም ኣዕፅምቲ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ ናይ ሥጋ ሕይወት ዝኾነት ነፍሲ ከኅድረልኩም እየ፡ ንሸኻትኩም ድማ ክትትንሥኡ ኢኹም ኢልካ ተነበ” በለኒ። ሥጋ ከወሓሕደልኩም፡ ቈርበት ውን ብላዕሊ ክኸድነኩም እየ። ናይ ሥጋ ሕይወት

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
ሕይወት ወተሐይዉ ወተአምሩ ከመ አነ ውእቱ እግዚአብሔር ወተነበይኩ በከመ አዘዘኒ ወኮነ ቃል ዘከመ ተነበይኩ።	ዝኾነት ነፍስ ውን ከኀድረልኩም እየ። ክትትንሥኡ ኢኾም። አነ እግዚአብሔር ከምዝኾንኩ ክትፈልጡ ኢኾም፥ ይብል ኣሎ ኢልካ ንገሮም በለኒ። ከምቲ ዝተኣዘዝክዎ ኸኣ ተነበኹ፥ ነገሩ ውን ከምቲ ዝተነበኽዎ ኮነ።
፶፬ ወናሁ ኮነ ድልቅልቅ ወተቃረቡ አዕፅምተ አባል ኀበ አባላቲሆሙ ወነጸርኩ ወናሁ ላዕሌሆሙ አምትንት ወዐርገ ሥጋ ወሠረፀ ማዕሰ ላዕሌሆሙ እመልዕልት ወአልቦ ላዕሌሆሙ መንፈሰ ሕይወት። ራእ ዮሐ ፳፡፲፭-፲፭።	44 እንሆ ምንዋጽ ኮነ፥ መፍለዪ ዘለዎም አዕፅምቲ ምስቲ መፈላለይኣም ተገማጠሙ። እንሆ ጅማውቲ ካብ ላዕሊ ተኃላሊፍዎም፥ ሥጋ መሊእዎም፥ ብላዕሊ ውን ቆርበት ተኸዲኖም ርኣኹ። ሕይወት ዘለዋ ነፍሲ ግና ኣይነበሮምን። ራእ.ዮሓ. 20፡11-15።
፶፭ ወይቤለኒ ተነበይ በእንተ መንፈሰ ሕይወት ኦ ወልደ እጓለ እመሕያው ወበል እምፀሐይ አጽናፍ ምጻእ ወነዓ ኦ መንፈሰ ሕይወት ወንፋሕ ዐውደ እሉ ሙታን ወየሐይዉ ወተነበይኩ በከመ አዘዘኒ ወቦኦ ውስቴቶሙ መንፈሰ ሕይወት ወሐይዉ ወቆሙ በእግሪሆሙ ሠናየ ጥቀ።	45 “ኣንታ ወዲ ሰብ ናይ ነፍሲ ነገር ተዛረብ። ሕይወትነት ዘለካ ነፍሲ ካብ ኣርባዕተ መዓዝን መጺእካ ኣብዞም ምውታን ጎደር እሞ ክትንሥኡ እዮም በል” በለኒ። ከምዝኣዘዘኒ ከኣ ተዛረብኩ። ሕይወትነት ዘለዎ ነፍሲ ኃደሮም። ተንሥኡ፥ ተመዓራርዮም ድማ በእጋሮም ቐሙ።
፶፮ ወይቤለኒ ኦ ወልደ እጓለ እመሕያው እሉ አዕፅምት ኵሎሙ ዘቤተ እስራኤል እለ ይብሉ የብሰ አዕፅምቲነ ዘበበነገድነ ወበእንተዝ ተነበይ ሎሙ ወበሎም ከመዝ ይቤ እግዚአብሔር እግዚእ ናሁ አነ እከሥት መቃብሪክሙ ወአዐርገክሙ እምውስተ መቃብሪክሙ ለኮልክሙ ወአመጽአክሙ ሀገረ እስራኤል ወተአምሩ ከመ አነ ውእቱ እግዚአብሔር አመ ከሠትኩ መቃብሪክሙ ወአዕረጉክሙ እምውስተ መቃብሪክሙ ለሕዝብየ ወእወዲ ውስቴትክሙ መንፈሰ ሕይወት ዲቤክሙ ወተሐይዉ ወአነብረክሙ ውስተ ሀገርክሙ ወተአምሩ ከመ አነ ውእቱ እግዚአብሔር ዘአሰፈውኩ ወገበርኩ።	46 ኣንታ ወዲ ሰብ እዞም ኵሎም ኣዕፅምቲ እዚኣም፥ በብነገድና ኣዕፅምትና ነቐጸ ዝብሉ ቤት እስራኤል እዮም። ስለዚ ተዛረብ፥ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ ኢልካ ንገሮም፡- እንሆ ኣነ መቓብርኩም ኸፊተ፥ ንኮልኹም ካብ መቓብርኩም ካብ ማእከል ኣሕዛብ ከውጽኣኩም እየ፥ ናብ ሃገረ እስራኤል ድማ ክወስደኩም እየ። ኣቲም ሕዝበይ መቓብርኩም ከፊተ ምስ ኣተንሣእክኹም ኣነ እግዚኣብሔር ከምዝኾንኩ ክትፈልጡ ኢኹም። ሕይወትነት ዘለዋ ነፍሲ ምስ ኣጎደርኩልኩም እሞ ምስ ተንሣእኩም ኣብ ሃገርኩም ውን ምስ ኣቐመጥኩኹም ተስፋ ዝሃብኩን ነዚ ዝፈጸምኩን ኣነ እግዚኣብሔር ከምዝኾንኩ ክትፈልጡ ኢኹም።
፶፯ ነጽሩ ኦ አብዳን ተስፋ መድኃኒትነ ወተመየጡ እምዕልወትክሙ ወአእምሩ ከመ ለሊሁ እግዚእነ ኢአዘዘ በቃሉ	47 ኣቲም ዓያሹ ነዚ ተስፋ ትንሣኤ ፍለጡ። ካብ ክሕደትኩም ውን ተመለሱ። ባዕሉ ጐይታና ተንሥኡ ኢሉ ከምዘይኣዘዘ ፍለጡ። ኽኽንበ ነቲ ነቢይ ምስ ኣዘዞ፥

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
ወባሕቱ ሶበ አዘዞ ለነቢይ ይትነበይ ሶቤሃ በይእቲ ሰዓት ተንሥኡ አብድንት ከመ ያዐቁነ ትንሣኤሆሙ ለምውታን ወሀለዎሙ ለእሉ እለ ተንሥኡ ይሙቱ ዳግመ እስከ አመ ይትነሥኡ ። ሕዝ ፴፯፡፩-፲፬።	ብኡ ንብኡ ናይ ምውታን ትንሣኤ ኻቪረድኡና ካብ ነፍሲ ተፈልዮም ዝነበሩ ሬሣታት በታ ሰዓት እቲኣ ተንሥኡ። እዞም ዝተንሥኡ ክሳዕ እታ ዝትንሥኡላ መዓልቲ ዳግማይ ክሞቱ እዮም። ሕዝ 36፡1-16።
፵፰ ወበዕለተ ትንሣኤሰ እምድኅረ ይቤ እግዚእ ተንሥኡ ይትነሥኡ ወኢይ መውት እንከ እስመ ቃለ እግዚ አብሔር ኢይበጥል በከመ ተብህለ በወንጌል ቅዱስ እስመ ይበጽሕ ጊዜሁ ከመ ይሰምዕዎ ቃሎ ኵሎሙ እለ ውስተ መቃብር ወይወጽኡ እለ ሠናየ ገብሩ ውስተ ትንሣኤ ዘለሕይወት ወእለሰ እኩየ ገብሩ ውስተ ትንሣኤ ዘለደይን ። ዮሐ ፭፡፳፰-፴ ።	48 በታ ዕለተ ትንሣኤ ግና ጐይታ ተንሥኡ ድኅሪ ምባሉ ክትንሥኡ እዮም። ብድኅሪ'ዚ ኣይሞቱን እዮም። ከመይ ቃል እግዚኣብሔር ኣይልወጥን እዩ። ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵሎም ቃሉ ዝሰምዑላ ጊዜ ኽትበጽሕ እያ። ሠናይ ዝገበሩ ናብ ብሕይወት ምንባር ዘብቅዕ ትንሣኤ፣ ክፉእ ዝገበሩ ድማ ናብ ብሥቓይ ምንባር ዘብቅዕ ትንሣኤ ኽትንሥኡ እዮም፣ ከምዝበለ ቅዱስ ወንጌል። ዮሓ 5፡28-30
፵፱ ወበእንተ ዝንቱ መጽአ እግዚእነ በሥጋ ወአንሥአ ሰብአ ወለሊሁኒ ፈቂዶ ሞተ ይትነሣእ በሥጋ መዋቲ ወእምድኅረ ተንሥአ ኢይመውት እንከ ወእምድኅረ ትንሣኤሁ አርመመ እግዚእነ ወኢይቤ ወኢለመኑሂ እምሰብእ ተንሥእ ወፃእ እስከ አመ ይመጽእ ዳግመ ወይቤሎሙ ለኵሎሙ እንለ እመሕያው ይትነሥኡ እሙታን በዕለተ ትንሣኤ ዘጉባኤ።	49 ምእንቲ'ዚ ጐይታ ሰብ ኮነ፣ ሰብ ውን ኣተንሥአ። ባዕሉ ብመዋቲ ሥጋ ምእንቲ ክትንሥእ ብፍቃዱ ሞተ። ድኅሪ ምትን ሥኡ፣ ካልኣይ ኣይመውትን እዩ። ድኅሪ ትንሣኤኡ ጐይታ ኣይተዛረበን፣ ንዝኾነ ማንም ካብ ሰብ ወገን ውን ተንሥእ ካብ መቓብር ውጻእ ኣይበለን። ዳግማይ ክሳዕ ዝመጸላ መዓልቲ (ትንሣኤ ዘጉባኤ) ኵሎም ሰባት ሓደ ኮይኖም ኣብ ዝትንሥኡሉ መዓልቲ ምውታን ክትንሥኡ እዮም በሎም።
፶ ነጽር እምድኅረ ትንሣኤሁ እሙታን ኢያንሥአ መነሂ በሥጋ እምኵሎሙ እለ ሞቱ ለባሕቱ እምቅድመ ትንሣኤሁ እሙታን አንሥአ እምሥጋ ቅዱሳን ብዙኃነ እለ ሞቱ ቅድመ ወአስተርአዩ ለብዙኃን ወእሉ ቦኡ ውስተ ሀገር ቅድስት በከመ ጽሑፍ በወንጌል ቅዱስ። ማቴ ፳፯፡፶፪-፶፫።	50 ካብ ምዉታን ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሣኡ፣ ካብቶም ኵሎም ዝሞቱ ንማንም ዝኾነ ብሥጋ ከምዘየተንሥአ ኣስተውዕል። ቅድሚ ካብ ምውታን ምትንሣኡ ግና ካብቶም ቅድም ዝሞቱ ብዙኃት ቅዱሳን ሰባት ኣተንሥኡ፣ ንብዙኃት ሰባት ውን ተራእይዎም፣ ናብታ ቅድስት ሃገር ኣተዉ። ዝብል ኣብ ቅዱስ ወንጌል ከም ዝተጻሕፈ። ማቴ 27፡52-54።
፶፩ ወይቤ ክፍል እምአባለ ሥጋሆሙ ለቅዱሳን ተንሥአ አላ ይቤ እስመ ሥጋሆሙ ለቅዱሳን ተንሥአ ወአስተርአዩ ለብዙኃን ወአኮ ካልአን ሥጋት እለ ተንሥኡ አላ እሙንቱ	51 “ሥጋ ቅዱሳን ተንሥአ፣ ንብዙኃት ከኣ ተራእይዎም ደኣ በለ እምበር” ተኻፊሉ ካብ ሥጋ ቅዱሳን ተንሥአ ኣይበለን። ዝተንሥኡ ካልኦት ሥጋታት ኣይኮኑን፣ ቅድሚ መዓልታት ሞይቶም

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፬	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59
እለ ሞቱ እምጕንዱይ አዝማን ተንሥኡ ወአእመርዎሙ አዝማዲሆሙ ወፈቀደ እግዚአብሔር በዝንቱ ያርኢ እሎንተ ተአምራተ ዕፁባተ ዘከመ ይትከሀል በጎቤሁ።	ዝነበሩ እዮም ዝተንሥኡ እምበር። ኣዝማዶም ውን ፈለጥዎም፥ እግዚኣብሔር ብእኡ ከምዝከኣል በዚ ናቶም ተኣምራት ንክግለጽ ፈተወ።
፶፪ ወአመሂ ሖረ ቤቶ ለመጋቤ ምኵራብ እንተ ሞተት ወለቱ ይቤላ ወለትየ ተንሥኢ ወሶቤሃ ተንሥአት ጸኒያ ዳግመ አባላ ዘተመስወ ወከማሁ ዓዲ ተንሥአት እንተ ኮነት ትሰክብ ዲበ ዓራት።ማር ፭፥፶፮-፶፰። ማቴ ፱፥፲፰።	52 ናብ ቤት እቲ ጓሉ ዝሞተቶ መራሒ ምኵራብ ምስ ከደ፥ “ጓለይ ተንሥኢ” ምስ በላ፥ ሽዑ እቲ ብሞት ደኺሙ ዝነበረ ኣካላ ካልኣይ ጎይሊ ረኺቡ ተንሥአ። ከምኡ ውን እታ ኣብ ዓራት ደቂሳ ዝነበረት ተንሥአት።ማር 5፥38-43። ማቴ 8፥14።
፶፫ ወለወልደ መበለትሂ ዘናይን እንዘ ያወፅእዎ ይቅብርዎ ፀዊሮሙ በዓራት አንሥኡ በዕረፍት ሶበ ገሠሠ ዓራቶ ወሶበ አውሥኡ ለሙቱ ወሬዛ ለባሕቲቱ ተንሥአ ። ሉቃ ፯፥፲፪-፲፭።	53 ወዲ'ታ ኣብ ናይን ዝነበረት መበለት ውን ንክቐብርዎ ኣብ ዓራት ተሰኪሞም ክወ ስድዎ ከለዉ፥ ነቲ ዓራት ምስ ተንከፎ ጎይሊ ሂቡ ኣተንሥኡ። ተንሥእ ምስ በሎ ሽዑ በይኑ ተንሥኡ። ሉቃ 7፥12-16።
፶፬ ወዘዕሙቅሰ ፈድፋደ ወዘየዐቢ እምዝንቱ ወያደምም አልባበ ሰብእ እስመ ለአልዓዛር እምድኅረ ኮነ ሎቱ ረቡዓ መዋዕለ ኢይቤሎ ተንሥእ ወኢገሠሠ መቃብሮ አላ ሶበ ጸርሐ በቃል እንዘ ይብል አልዓዛር አልዓዛር ነዓ ፃእ አፍአ እምውስተ መቃብር ወሶቤሃ ተንሥአ ፍጡነ ወወፅአ አፍአ እምውስተ መቃብር ዘንተ ገብረ እግዚአብሔር ቃል ቅዱስ ከመ ያዑቀነ ተስፋ ትንሣኤ። ዮሐ ፲፩፥፩-፵፫።	54 ብዝያዳ ካብዚ ዝረቕቕ ንልቡና ሰባት ዘደንቕ ዝረቕቕ ነገር እዚ እዩ። ንኣልዓዛር ድኅሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ተንሥእ ኣይበሎን፥ መቓብሩ ውን ኣይዳህሠሠን። ዓው ኢሉ፥- “ኣልዓዛር ኣልዓዛር ነዓ ካብ መቓብር ውጻእ፥” ኢሉ ምስ ጸውዖ ብኡ ንብኡ ወጺኡ ተንሥኡ። ቅዱስ እግዚኣብሔር ቃል፥ ተስፋ ትንሣኤ ንከረድኣና ነዚ ገበረ። ዮሓ 11፥1-45።
፶፭ እስመ ትፈቱ ትስማዕ ስማዕ እምኵሎሙ መጻሕፍት ለነሰ የሐፅፀነ ልቡናነ እምዝንቱ ወበእንተ ዕበየ ራኅቡ እእኅዝ ነገረ አእሚርየ ከመ መድኃኒትነ ጽድቅ ውእቱ ወቦቱ ሰበከነ በዝንቱ ተስፋ ፍጹም ዘሀሎ ለኵሉ።	55 ብዛዕባ ነገረ ትንሣኤ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ መጻሕፍቲ ኣንብብ። ናትና ኣእምሮ ግና ነዚ ካብ ምፍላጥ ይፍለ፥ ምሥጢሩ ውን ሰፊሕ ስለዝኾነ ትንሣኤና ሓቂ ከምዝኾነ ፈሊጠ ነገረይ ክውስን እየ። ብጉይታ ንኵሉ ክግበር ንዘለዎ ነዚ ፍጹም ተስፋ ንምህር።
፶፮ ዘንተ ኢየአምኑ ኢምእመናን ወያሰትትዎ ሙሱናነ ሃይማኖት ወኢይ ትቄከፍዎ ወይትቃፀብዎ መፍቀርያነ ተውዳሰ ክንቱ።	56 እቶም ዘይኣምኑ ነዚ ኣይኣምንዎን እዮም። እቶም ሃይማኖት ዘይብሎም ይነቕፍዎን ኣይቅበልዎንን እዮም። እቶም ውዳሴ ከንቱ ዝፈትዉ ይላገጽሉ።
፶፯ እግዚአብሔር አብ ወወልደ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ወመንፈሱ ቅዱስ	57 እግዚኣብሔር ኣብን፥ ሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን፥ ኃጢኣት ዘስተሥሪ መንፈስ ቅዱስን ኣብቶም ጽልሙት ልቡና ዘለዎም

ዘኤጲፋንዮስ ም. ፶፱ ዘጎርጎርዮስ ም. ፷	ዘኤጲፋንዮስ ም. 59 ዘጎርጎርዮስ ም. 60
ጸራቅሊጦስ ይፈንዉ ምሕረቶሙ ውስተ አልባበ ጽልሙታነ ልብ ከመ ይብራህ ለአእምሮ ሃይማኖት እንተ ዘቅድስት ሥላሴ ወአጠይቆ ተስፋ መድኃኒትነ እንተ ይእቲ ተስፋ ትንሣኤ ዘጉባኤ ።	ሰባት ፍልጠት የኅድሩ። እዚ ኽኣ ነታ ብሥላሴ ዝኣምንዋ ሃይማኖት ንምፍላጥን፥ ተስፋ ትንሣኤና ማለት ሓደ ኮይንና ንትንሥኣሉ ትንሣኤ ንምርዳእን እዩ።
፶፰ ወእለሰ ኢየአምኑ በዝንቱ አረሚ እሙንቱ ዘርኅቀ እምኔሆሙ መንፈስ ቅዱስ በእንተ ክህደቶሙ ወይትኀፈሩ በጽድቅ ወበስምዕ ዘአቅደምነ ዘተናገርናሆሙ እምነ መጻሕፍት ቅዱሳት።	58 እቶም በዚ ዘይኣምኑ ግና ቡቲ ክሕደቶም መንፈስ ቅዱስ ዝረሓቐም ኣረማውያን እዮም። ብትንሣኤ ጐይታን በቶም ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣዋጺእና ዝተዛረብናዮም መሰኻክርን ይኅፈሩ።
፶፱ ወፈድፋድሰ አንትሙ አ ደቂቀ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ እግዚ አብሔር ጽንዑ በሃይማኖት ርትዕት እመሰ ትትዌከፍዎ ለመንፈስ ቅዱስ ወትከውኑ ትትሜሀሩ ሃይማኖተ ወትከውኑ ድልዋነ ትክሥቱ አፉክሙ በቃለ ጽድቅ።	59 ዝያዳ ድማ ኣቱም እግዚኣብሔር ዝኅደረኩም ደቂ እዛ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒዕኩም ንበሩ። መንፈስ ቅዱስ ምስ ዝኅድረኩም፡- ሃይማኖት ክትመሃሩ ኢኹም፡ ወንጌል ንክትምህሩ ውን ብቑዓት ክትኮኑ ኢኹም።
፷ ወቀዳሚኒ ኮንክሙ ድልዋነ ትኩኑ አርዳኢሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኖላዊ ዓቢይ ወመድኃኔ ነፍሳቲነ ዘሎቱ ስብሐት ምስለ አቡሁ ኄር ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	60 ቅድም ውን ናይቲ ንነፍስና ዘድኀን ለዋህ ጓሳና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ደቀ መዛሙርቲ ንምኻን ብቑዓት ኴንኩም ነበርኩም። ምስቲ ለዋህ ዝኾነ **ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን** ንእኡ ክብርን ምስጋናን ናቱ ዝኾነ ሎምን ንዘለዓለምን ኣሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፷ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 60 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ኤጲስ ቆጶስ ዘእንዚናዙ ወዘተሠይመ ሊቀ ጳጳሳት በሀገረ ቀኖስጥንጥንያ እምድኅረ ስደቱ ለመቅዶንዮስ ከሐዲ።	1 ናይ እንዚናዙ ኤጲስቆጶስን፡ ድኅሪ ስደት ከሓዲ መቅዶንዮስ ድማ ናይ ቀኖስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ዝተሾመን፡ ከምኡ ውን ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ከምዚ በለ።
፪ ይቤ በእንተ ዕሪና ቅድስት ሥላሴ ወተዋሕዶተ መለኮት ዘኢይትሌለይ መቅድመ ኵሉ ንሰብክ ሥላሴ ዕሩየ ወቅዱሰ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ በተዋሕዶተ መለኮት ዘኢይትሌለይ ወአካላትሰ ለለ ፭ዱ አካል ፍጹም ውእቱ በበገጹ ወበበመልክዑ እንዘ ኢይትሌለይ በመለኮት።	2 ብዛዕባ ማዕርነት ሠለስተ ኣካላትን፡ ብዛዕባ ዘይክፈል ሓድነት መለኮትን ከምዚ በለ። ቅድሚ ኵሉ ነቲ ብኣካል ፍሉይ፡ ብኽብሪ ሓደ ዝኾነ ሠለስትነት ንምህር። እዚኣቶም ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ሥላሴ ብሓድነት መለኮት ምፍላይ የብሎምን። ብኣካላት ግና ኣብ ባህርይ ምፍላይ ከይሃለዎ ነፍስ ወከፍ ኣካል ብገጽ ብመልክዕ ፍጹም እዩ።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷	ዘጎርጎርዮስ ም. 60
፫ ለአብ ቦቱ ስብሐት ወስመ አብና ወለወልድኒ ቦቱ ስብሐት ወስመ ወልድና እንዘ ኢየሐፅፅ እመዐርገ አብ በመለኮት ወመንፈስ ቅዱስኒ ከማሁ ኢየሐፅፅ እምክልኤሆሙ በመለኮቱ ወባሕቱ ኢይሰመይ አበ ወኢወልደ ወአልቦቱ ጥንት አላ ውእቱ ከመ አብ ወወልድ በመለኮት እስመ መንፈሶሙ ውእቱ ሥሉስ ዕሩይ።	3 ንአብ ናይ ኣቦነት ስምን ናይ ኣቦነት ክብርን ኣለዎ። ንወልድ ውን ካብ ባህርይ ክብሩ ካብ አብ ከይነኣሰ ናይ ወልድነት ስምን ናይ ወልድነት ክብርን ኣለዎ። ከምኡ ንመንፈስ ቅዱስ ውን ብኽብሪ ካብ ክልቲኦም ኣይንእስን እዩ። ከቶ ተለዊጡ አብ ወይ ወልድ ኣይበሃልን እዩ። በዚ ጊዜ'ዚ ተረኽበ ኣይበሃልን፡ ብመለኮት ከም አብን ከም ወልድን እዩ። ከመይ እስትንፋሶም እዩ። ሠለስቲኦም ውን ማዕረ እዮም።
፬ ወኢይክል መኑሂ ይፈጽም ነቢበ ዕበዮሙ ወኢይትህበል መኑሂ ያሕፅፅ መለኮተ ፫ቱ አካላት አላ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ በተዋሕዶተ ሥላሴ ።	4 ሓደ እኳ ኑቲ ነገረ ጕይትነቶም ክፍጽሞ ኣይክእልን፡ ንባህርይ ሠለስተ ኣካላት ኘክፈሊ ውን ሓደ እኳ ኣይድፈር። ከመይ ንሠለስቲኦም ሓደ ዝገብር ባህርይ ሓደ ስለዝኾነ።
፭ ወዓዲ ንለቡ ፫ተ አካላት በበህላዌሆሙ ወአልቦ አካል ውጹእ እምህላዌ መለኮት ወአልቦ ሕፀፅ ውስተ አካል በስብሐት ዘኢይትረከብ አላ ፩ዱ ሥልጣን ወ፩ዱ ሥምረት ዘሥሉስ ቅዱስ።	5 ከምኡ ውን ነዞም ሠለስተ ኣካላት በብገጾም በብስሞም ንፍለጦም። ካብ ባህርየ መለኮት ዝተፈልየ ኣካል የልቦን። ኣብ ኣካላት ውን በቲ ዘይምርመር ክብሪ ምፍልላይ የልቦን። ከመይ ናይ ሠለስቲኦም ሥልጣንን ፍቓድን ሓደ ስለዝኾነ።
፮ ወአልቦ ውስቴቶሙ ፍጡር እስመ ኢኮኑ ፍጡራነ ወኢይትህበሉ ጎጉላን ያብኡ ፍልጠተ መለኮት ውስተ ሥላሴ ቅድስት ወኢድማሬ አካላት ወኢንሰግድ ለ፫ቱ አማልክት አላ ለ፩ዱ አምላክ።	6 ካብ ሠለስቲኦም ፍጡር የልቦን፡ ፍጡራን ስለዘይኮኑ። እቶም ካብ ፍልጠት ካብ ሃይማኖት ዝተፈልዩ መናፍቓን፡ ኣብ ቅድስት ሥላሴ ናይ መለኮት ምኽፋልን፡ ናይ ኣካልነት ምጥቕላልን ከምጽኡ ኣይድፈሩ። ሓደ ኣምላኽ ኢልና ንሰግድ እምበር ሠለስተ ኣማልኽቲ ኢልና ኣይንሰግድን።
፯ ወንሰምዮሙ በ፫ቱ አስማት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ መለኮት ወአሐዱ ኃይል እንዘ ሠለስቱ አካላት እጉዛን በጽምረተ አሐዱ መለኮት ወህላዌ አኮ እምኄሆሙ አሐዱ ልዑል ወ፩ዱ ትሑት አላ ዕሩያን በ፩ዱ ዕሪና ዘኢይትነገር።	7 ብስም ሠለስተ እዮም ንብል፡ አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ሓደ ሥልጣን ሓደ ባህርይ እዮም። ብሓደ መለኮትን ብባህር ይ ሓድነትን ዝጸንዑ ሠለስተ ኣካላት ክኾኑ ከለዉ፡ ካብ ሠለስቲኦም ሓደ ዝዓቢይ እቲ ሓደ ዝንእስ ኣይኮነን። ብዘይ ምርምር ሓደ ክብሪ ማዕረ እዮም እምበር።
፰ ወለለ ፩ዱ ፩ዱ እምነ አካላት ፍጹም በገጹ ወበመልክዑ አብኒ አብ ውእቱ ወወልድኒ ወልድ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስኒ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ።	8 ነፍሲ ወከፍ ካብዞም ኣካላት እቲ ሓደ ብገጹ ብመልክዑ ፍጹም እዩ። ኣብ ኣብ እዩ፡ ወልድ ወልድ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን መንፈስ ቅዱስ እዩ።
፱ ወለለ ፩ዱ ፩ዱ እምአካላት ኢይትዌለጡ እምህላዌሆሙ አብሂ	9 ነፍስ ወከፎም እዞም ኣካላት ካብ ባህሪኦም ኣይልወጡን እዮም። ኣብ፡

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷	ዘጎርጎርዮስ ም. 60
ለከዊነ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወወልድኒ ለከዊነ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስኒ ለከዊነ አብ ወወልድ ።	ንወልድን መንፈስ ቅዱስን ንምኂን ኣይልወጥን እዩ። ወልድ ውን አብን መንፈስ ቅዱስን ንምኂን ኣይልወጥን እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ውን አብን ወልድን ንምኂን ኣይልወጥን እዩ።
፲ ወነአምሮ ለእግዚአብሔር በ፫ቱ አካላት ዕሩያን በመለኮት ወብሉየ መዋዕልና እስመ ቀዳማውያን ወደኃራውያን እሙንቱ ወዘእንበለ ውላጤ ይትወሐዱ በመለኮት።	10 እግዚአብሔር ብጐይትነት ቅድሚ ዓለም ከምዝነበረን ማዕረ ብዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ከምዘሎን ንፈልጦ ኢና። ቅድሚ ዓለም ዝነበሩን ዘመን ኣጎሊፎም ዝነብሩን እዮም። ብዘይምልዋጥ ብመለኮት ሓደ እዮም።
፲፩ ወድኅረ መጽአ ዘአልቦቱ ጥንት ቃለ አብ እግዚአብሔር ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ በፈቃደ አቡሁ ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ እንዘ ኢያጌብሮ መኑሂ ወኢያእመረ መኑሂ እምእለ ሀለዉ ውስተ አርያም ምሥጢረ ምጽአቱ ወኃደረ ውስተ ከርሣ ለእንተ ተወልደት እምአብ ወእም እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም።	11 ብዳኅረዋይ ዘመን ውን ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ፣ ጥንቲ ዘይብሉ ቃለ አብ እግዚአብሔር ማንም ከየገደዶ ብፍቓዱን ብፍቓድ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ሰብ ኮነ። ማንም ኣብ ኣርያም ካብ ዘለዉ መላእኽቲ ሰብ ምኂኑ ኣይፈለጠን። ካብ ኣቦ ኢያቁምን ካብ ኣደ ሃናን ዝተወልደት እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ኣብ ማኅፀና ኃደረ።
፲፪ ዘአልቦቱ ሥጋ ተሳተፈ ሥጋሃ ወተፀውረ በከርሣ ፱ አውራኃ ከመ ኮሉ ሰብእ ወሶበ ተፈጸመ ጊዮልቁ ወበጽሐ ዕለተ ልደቱ ኀለፈ እንተ ማኅተማ ለወላዲቱ በመንክር ግብር ወኢተወለጠ ማኅተመ ድንግልናሃ ዘወ ፅአ እምኔሁ አላ ወፅአ ቦቱ እንዘ ኀቱም ውእቱ መካን።	12 ሥጋ ዘይብሉ ንሱ ሥጋኣ ተዋሒዱ፣ ከም ኮሉ ሰብ 9ተ ወርኀን 5ተ መዓልትን ብጐይትነቱ እንከሎ ኣብ ማኅፀና ተወሰነ። 9ተ ወርኀን 5ተ መዓልትን ተፈጺሙ ዝውለደሉ መዓልቲ ምስ በጽሐ ድማ ብዘይ ምርመር ግብሪ ብኀቱም ድንግልና ተወልደ። ማኅተመ ድንግልናኣ ውን ኣይተለወጠን። ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ ደኣ ተወልደ እምበር።
፲፫ ከመ ኖኅት ዘርአየ ሕዝቅኤል ነቢይ ዘቦአ ውስቴታ ብእሲ ዘእንበለ አምላከ እስራኤል ቦአ ውስቴታ ወወጽአ እንዘ ኢይትረኀው ኖኅት። ሕዝ ፵፬፡፩-፫።	13 ብዘይካ ኣምላኽ እስራኤል ካልእ ሰብ ከምዘይኣተዋ ነቢይ ሕዝቅኤል ከም ዝረኣየ፣ ኣፍ ደገ ማኅተመ ድንግልና ከይተለወጠ ብኀቱም ድንግልና ተፀኒሱ ተወልደ። ሕዝ 44፡1-3።
፲፬ ኢታስተማስሉኬ ኦ አብዳን ፅንሳ ለእግዚእትነ ማርያም ወወሊዶታ ከመ ኮሎን አንስት ሐሰ ላቲ ለእግዝእትነ ማርያም አላ ፀንሰቶ ለቃለ እግዚአብሔር ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወወለደቶ ዘእንበለ ፃዕር ወሕማም።	14 ኣቱም ዓያሹ! ናይ ድንግል ማርያም ፅንስን ወሊድን ምስ ናይ ካልኦት ኣንስቲ ኣይተመሳሰልዎ። ንእመቤትና ድንግል ማርያም እዚ ክንገረላ ኣይግባእን። ንቃል እግዚአብሔር ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ፀኒሳ፣ ብዘይ ፃዕሪ ወለደቶ ደኣ እምበር።

ዘነርጎርዮስ ም. ፷	ዘነርጎርዮስ ም. 60
፲፭ ወኢያእመረት ወኢተዐውቃ ፍጹም ሕማመ ወሊድ ወበእንተዝ ፅንሳ ይትነከር ወኃይለ ዕበየ ወሊዶታ ኢይትነገር ወከመዝ ወለደት ዘኢይረክቦ መኑሂ ክዋኔሁ ወኢተ ነሥተ ማኅተመ ድንግልናሃ ።	15 ኣብ ጊዜ ምውላድ፡ ፍጹም ፃዕሪ ሕማመ ወሊድ ኣይረኸባን። ናይ ኣምላኽነት ሥራሕ ስለዝኾነ ፅንሳ ብጣዕሚ የደንቕ። ናይ ምውላዳ ምሥጢርን ኃይልን ውን ኣይምርመርን እዩ። ነቲ ማንም ንባህሪኡ ዘይፈልጦ ንእኡ ወለደቶ፡ ማኅተመ ድንግልናኣ ውን ኣይተለወጠን።
፲፮ ወኣኮ ዘወለደት ብእሴ ዕሩቀ እመለኮት ወኢኮነ ጥንተ መለኮቱ ለፈ እምልደቱ በሥጋ እምእግዝእትነ ማርያም እስመ ውእቱ ቀዳማዊ ወደኃራዊ ። ራእ ዮሐ ፩፡፰።	16 ዕሩቕ ብእሲ ኣይወለደትን። ናይ መለኮቱ ምርካብ፡ ቅድም ዝነበረ ንዓለም ውን ኣኅሊፉ ዝነብር እዩ እምበር እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥጋ ካብ ትወልዶ ንደኃር ኣይ ኮነን። ራእ ዮሓ 1፡8።
፲፯ ወሥሉጥ ላዕለ ኵሉ እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል እምቅድመ ትሰብእት ወእምድኅረ ተሠገወሂ ውተወልደ እምእግዝእትነ ድንግል ማርያም ውእቱ ክመ ዝንቱ ፩ዱ ወኢፈለሰ ህላዌ መለኮቱ ኀበ ህላዌ ትስብእቱ ወኢህላዌ ትስብእቱ ኀበ ህላዌ መለኮቱ አላ በ፩ዱ አካል ወለደቶ እግዝእትነ ማርያም ድንግል ወበ፩ዱ ህላዌ ሰገዱ ሎቱ ሰብአ ሰገል። ማቴ ፩፡፲፮-፳፩። ፪፡፩-፲፪።	17 ንኵሉ ዝፈጠረ እዩ። ከመይ ቅድሚ ሰብ ምኻኑን ሰብ ኮይኑ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ድኅሪ ምውላዱን እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ንሱ ኵሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ባህርየ መለኮቱ ናብ ባህርየ ሰብነቱ ኣይተለወጠን። ባህርየ ሰብነቱ ውን ናብ ባህርየ መለኮቱ ኣይተለወጠን። ድንግል ማርያም ብሓደ ኣካል ወለደቶ፡ ሰብኣ ሰገል ውን ብሓደ ባህርይ ሰገዱሉ ደኣ እምበር። ማቴ 1፡18-25። 2፡1-12።
፲፰ አኮ ዘይትበሀል ተዋሕዶተ እግዚአብሔር ቃል ፪ኤ ህላዌ ወ፪ኤ አካል እንዘ ይትወሐድ መለኮት ምስለ ትስብእቱ በከመ ይቤሉ ሰብእ ጎሠራን ወርኩሳን እለ ይረስይዎ ለመለኮት ነኪረ እምልደተሥጋ አላ በመንክር ግብር ።	18 መለኮት ምስ ትስብእት እንክዋሓድ፡ እግዚኣብሔር ቃል ተዋሕዶ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝበሃል ኣይኮነን። ብዘይምርመር ግብሪ እዩ እምበር እቶም ክፉኣት ጥፉኣትን ጎሠራንን ሰባት፡ መለኮት ብሥጋ ኣይተወልደን ከም ዝብልዎ ኣይኮነን።
፲፱ ሶበሰ ተሰብአ ኢተወልደ ከመ ሰብእ አላ አምላክ ኮነ ሰብአ ሶበሰ መጽአ በሩካቤ ብእሲ ወብእሲት ዘከማየ ብዙኃን ሰብእ እምስሕቱ ወእምረሰይዎ ሐሰተ።	19 ሰብ ምስ ኮነ ውን ከም ዕሩቕ ብእሲ ብዘርኢ ብሩካቤ ኣይተወልደን፡ ኣምላኽ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ከም ዕሩቕ ብእሲ ብዘርኢ ብሩካቤ እንተ ዝውለድ፡ ብዙኃት ሰባት ምሰሓቱ ነይሮም። ነቲ ኣምላኽ ሰብ ምኻኑ ውን ሓሶት ምገበርዎ ነይሮም።
፳ ወይእዜሰ ናሁ ተወልደ እምባሕቲታ ድንግል ማርያም ወዐቀበ ድንግልናሃ ዘእንበለ ውላጤ ከመ ይኩን መንክር ፀኒሶታ እሙነ ወመራኄ ለሃይማኖት ዓቢይ።	20 እንሆ ሎሚ ግና ካብ ድንግል ጥራይ ተወልደ። ድንግልናኣ ብዘይ ምልዋጥ ሓለወ። እዚ ኽኣ ድንቂ ዝኾነ ፅንሰታ እሙን ንክኸውንን ቅድመ ዓለም ካብ ኣብ ከምዝተወልደ ንምእማን መሪሕ ንምግባርን እዩ።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷	ዘጎርጎርዮስ ም. 60
፷፩ እንዘ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ልሕቀ ከመ ሥርዓተ ሕፃናት ወለሊሁኒ ይቤ አንሰ እምኀበ እግዚአብሔር መጻእኩ ውኀበ እግዚአብሔር አሐውር ወአኮ ለልየ ዘመጻእኩ አላ ውእቱ ፈነወኒ። ዮሐ ፯፡፳፰። ፲፮፡፳፯-፳፱።	21 ናይ ክብሪ በዓል ቤት እንከሎ ከም ሥርዓት ሕፃናት በብንእሽቶ ዓበየ። ባዕሉ ውን ካብ ሓድነት **አብ** ናብዚ ዓለምዝ መጺአ ሰብ ኮንኩ፡ ናብ እግዚኣብሔር ክሽይድ እየ፡ ብፍቓዱ ሰብ ኮንኩ ደኣ እምበር ብፍቓደይ ጥራይ ሰብ ኣይኮንኩን በለ። ዮሐ 7፡28። 16፡27-29።
፷፪ ወውእቱ ስምዐ ይከውን ለአካል ዘወለደቶ ማርያም ከመ ውእቱ መጽአ እምኀበ አብ ወአኮ ካልእ ዘየሐውር ኀበ አብ አላ ውእቱ ፩ዱ ዋሕድ በህላዌሁ ወኢኮነ ፪ተ እምድኅረ ልደት አኮ ፪ኤ አካል ወኢ፪ኤ አምሳል አላ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ በኵሉ ግብር በኃይላት ወበመንክራት ወበሕማማት ። ማቴ ፬፡፳፫-፳፭። ፲፩፡፬-፮።	22 እዚ ውን ካብ **አብ** ተወሊዱ፡ ሰብ ንምኻን ከምዝመጸ ነቲ ማርያም ዝወለደቶ ኣካል ምስክር እዩ። ናብ **አብ** ዝኸደ ውን ብባህሪኡ ሓደ ዝኾነ ንሱ እዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ምስ ተወልደ ውን ክልተ ኣይኮነን። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይኮነን። ብኵሉ ሥራሑ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ'ምበር። ምውት ብምትንሣእ፡ ሕሙም ብምፍዋስ፡ መከራ ብምቕባል ሓደ እዩ እምበር። ማቴ 4፡23-25። 11፡4-6።
፷፫ ኢኮነኬ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፪ኤ ህላዌ አላ ፩ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወእምድኅረ ኮነ ፩ደ ኢይትፈለጥ ወኢይቶሳሕ እምድኅረ ጐባሬ መለኮት ወትስብእት።	23 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይኮነን። ወልድ ዋሕድ ሓደ እዩ እምበር። ሓደ ድኅሪ ምኻኑ ድማ ኣይፍለን እዩ፡ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ድኅሪ ምኻኑ ኣይተሓዋወስን እዩ።
፷፬ ህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት ተዋሐደ ወኮነ ፩ደ መልክዐ ወአልቦ ውላጤ ውስተ ዝንቱ ፩ዱ አካል አላ ፍጹም ውእቱ በኵሉ ግብር ወቦቱ ነፍስ ወልቡና ወንጹሕ እምኵሉ ኃጢአት። ዕብ ፯፡፳፮ ።	24 ባህርየ መለኮትን ባህርየ ትስብእትን ተዋሓደ። ሓደ መልክዕ ውን ኮነ። ብኵሉ ሥራሑ ፍጹም እዩምበር ኣብዚ ሓደ ኣካል ምልዋጥ የልቦን። ነፍስን ፍልጠትን ናቱ እዩ። ካብ ኵሉ ኃጢኣት ዝተፈልየ እዩ። ዕብ 7፡26።
፷፭ ወኢሐመ እግዚእነ ክርስቶስ በምትሐት አመ ርኀበ ወአመ ጸምአ ወአመ ደክመ በሐዊረ ፍኖት በከመ ይቤሉ ርኩሳን ሰብእ አላ ሐመ በሥጋ እሙነ ።	25 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝጠመየሉ፡ ዝጸምኣሉን መገዲ ብምኻድ ኣብ ዝደኸመሉን ጊዜ ብሓቂ ብሥጋ መከራ ተቐበለ ደኣ እምበር ዝተጸልኡ ዝተነቐፉ ሰባት ከምዝብልዎ ብሓሶት መከራ ኣይተቐበለን።
፷፮ ንሕነሰ ንብል ሕማመ ትስብእት ዘየሐምም ተኰለቈ ለመለኮት ዘኢየ ሐምም ወበህላዌሁሰ ዘኢየአምር ሕማመ እስመ ኢሐማሚ ውእቱ መለኮት።	26 ንሕና ግና እቲ ሕማም ዝሰማምየ ናይ ሥጋ ሕማም ነቲ ሕማም ዘይሰማምየ መለኮት ከምዝንገር ንዛረብ ኣሎና። ብባህሪኡስ ዘይሓምም እዩ። ከመይ መለኮት ሕማም የብሉን።
፷፯ ወሐመ እምረሲዐን እምእለ ይትህበሉ ላዕሌሁ ዘሐመሰ በሥጋ እግዚአብሔር	27 ብድፍረት ካብ ዝተላዕሉ ኣይሁድ መከራ ተቐበለ። እቲ ብሥጋ ሓመመ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ንመለኮት ግና

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷ ፥ ም. ፷፩

ቃል ውእቱ ለመለኮትሰ ኢይረክቦ ሕማም ቃል ተቀነወ በሥጋ ዲበ ዕፀ መስቀል ወኢኮነ ቃል እቱተ እምነ ሥጋ ዘሐመ በፈቃዱ።

፷፮ ወኢይትበህል ኢሠምረ ሕማመ ዘተወክፎ በሥጋሁ አላ ኮነ ይትፌሣሕ ቦቱ ወሶበሂ አጽነነ ርእሶ ወመጠወ ነፍሶ ኢተፈልጠ እምኔሁ ህላዌ መለኮቱ ዘይሁብ ሕይወተ ወዘይመውዕ ሞተ ወሙስና።

፷፯ ወኢጎደገ ቃል ሥጋሁ ውስተ መቃብር ወኢሂ ርጎቀ እምነፍሱ እንዘ ህለወት ውስተ ሲኦል አላ ኮነ ህልወ ምስሌሆሙ ጎቡረ ሎቱ ስብሐት ለዝሉፉ ። መዝ ፲፮(፲፭)፥፲። ግብ ሐዋ ፪፥፳፬-፴፫። ዮሐ ፲፱፥፴ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፷፩ ክፍል ፪

፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ወልድ።

፪ እለሰ ይብሉ ከመ ቃለ እግዚአብሔር ጎደረ በብእሲ ዘተወልደ እማርያም ድንግል አነ እሴአሎሙ በአንሳ መንፈስ እንዘ እብል አኮኑ ፪ቱ ህላዌያት ዘመለኮት ወትስብእት ኮኑ ውስተ ግብር ሐዲስ እስመ ህላዌ መለኮት ቃል ዘፍጹም በአካሉ ተዋሐደ በህላዌ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወተወልደ በሥጋ እምብእሲት።

፫ ወዝንቱ ዘአስተርአዮ ይትሌዐል እምኮኑ ህላዌያት ወኮነ ፩ደ መሲሐ እም፪ቱ ህላዌያት መለኮት ወትስብእት በመንክር ምሥጢር ወለእለሰ ቦሙ ልቡና ርቱዕ ኢይብሉ ከመ እግዚአብሔር ቃል ጎደረ በብእሲ እስመ ውእቱ ግብር ሐዲስ ወመንክር ምሥጢር።

ዘጎርጎርዮስ ም. 60 ፥ ም. 61

ብባህርዩ ሕማም ኣይረኽቦን። ኣብ ልዕሊ መስቀል ቃል ብሥጋ ተሸንከረ። ቃል ብፍቓዱ ካብቲ መከራ ዝተቐበለ ሥጋ ኣይተፈልየን።

28 ነቲ ብሥጋ ዝተቐበሎ ሕማም ውን ፈትዩ ኣይተቐበሎን ኣይበሃልን እዩ። ተሓጉሱ ብፍቓዱ ተቐበሎ ደኣ እምበር። ርእሱ ኣድኒኑ ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ኣብ ዝፈለየሉ ጊዜ ውን እቲ ሕይወት ዝህብ፥ ከምኡ ውን ሞትን ሙስና መቓብርን ዝስዕር ባህርየ መለኮቱ ካብ ሥጋ ኣይተፈለየን።

29 ቃል ነቲ ሥጋ ኣብ መቓብር ኣይጎደጎን፥ ኣብ ሲኦል ካብ ዘላ ነፍሱ ውን ኣይተፈልየን። ምስ ነፍስን ሥጋን ብሓደ ነበረ ደኣ እምበር። ንዘለዓለም ክብሪ ምስጋና ይብጽሓዮ። መዝ 16(15)፥10። ግብ ሐዋ 2፥24-33። ዮሓ 19፥30።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 61 ክፍሊ 2

1 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ሓድነት ሠለስትነትን ነገር ዝተዛረበ ቅዱስ ጎርጎርዮስ፥ ናይ ወልድ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ዓንቀጹ ከምዚ በለ።

2 ንእግዚኣብሔር ቃል፥ ድንግል ማርያም ኣብ ዝወለደቶ ሰብ ከምዝጎደረ ዝዛረቡ፥ ናይ ትስብእትን መለኮትን ክልተ ባህርያት ብተዋሕዶ ሓደ ገቹኑ ዶ ኣይኮኑን፧ ኢለ ኣነ ብሰፊሕ ልቢ እሓቶም ኣለኹ። ምኽንያቱ ብኣካል ፍጹም ገቹነ ባህርየ ቃል ነቲ እትፈልጥ እትዛረብ ነፍስ ዘላቶ ባህርየ ሥጋ ተዋሒዱ እዩ፥ ብሥጋ ውን ካብ ድንግል ተወሊዱ እዩ።

3 ሰብ ኮይኑ ዝተራእየ ንሱ ውን፥ ልዕሊ ምርምር ልቡና ፍጡራን እዩ። ካብ ክልተ ባህርያት መለኮትን ትስብእትን ብዘደንቕ ምሥጢር ሓደ ክርስቶስ ኮነ። ቅኑዕ ልቢ ዘለዎም ሰባት ግና እግዚኣብሔር ኣብ ሰብ ከምዝጎደረ ኣይዛረቡን እዮም። ምኽንያቱ ተዋሕዶ፥ ሓድሽ ሥራሕን ድንቂ ምሥጢርን ስለዝኾነ።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 61
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በውስተ ድርሳኑ በእንተ ወልድ ፍቁር።	4 ናይ ሓድነትን ሠለስትነትን ነገር ዝተዛረበ እዚ ቅዱስ ጎርጎርዮስ፡ ናይ ፍቁር ወልድ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ዓንቀጽ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፭ እስመ ኵሎሙ ነቢያት ኢክህሉ በጺሐ አእምሮቱ ለእግዚአብሔር ዘኢይትረከብ አስተርእየ እግዚአብሔር ቃል በልደተ እጓለ እመሕያው ወበልደቱ ኢፈትሐ ማኅተመ ድንግልናሃ።	5 ኵሎም ነቢያት ነቲ ዘይምርመር ንእኡ መርሚሮም ክፈልጥዎን ክበጽሕዎን እኳ እንተ ዘይተኻእሎም፡ እግዚኣብሔር ቃል ካብ ሰብ ብዝተወልዶ ልደት ተራእየ። ብልደቱ ውን ናይ ኣደኡ ማኅተመ ድንግልና ኣይለወጠን።
፮ ቦአ ውስተ ዓለም እምድንግልና ወላዲቱ ወኢማሰነ በልደቱ ድንግልናሃ ወኢርኅበ ከርሠ ድንግል እንተ ያረቶ አላ ዐቀባ ከመ ቀዳሚ።	6 ካብ ኣደኡ ብድንግልና ተወሊዱ ናብዚ ዓለም ኣተወ። ብልደቱ ውን ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን። እታ ዝወሰነቶ ማኅፀን ድንግል ኣይተለወጠትን፡ ከምቲ ቅድም ደኣ ኣጽንዓ እምበር ።
፯ አስተርአየ በሥጋ እንዘ ኢያስተርኢ በህላዌ መለኮት እፎኡ ያስተርኢ ዘህሎ በኵሉ መካን ወእንዘ ምሉእ ውእቱ በውስተ ኵሉ ወአልቦ መካን ዘዕሩቅ እምኔሁ። መዝ ፻፫(፻፪)፡፳፪። ፻፴፱ (፻፴፰)፡፰-፲፭። ዮሐ ፩፡፱።	7 ብባህርየ መለኮቱ ዘይርኣ ከሎ፡ ብሥጋ ተራእየ። ብኵሉ ምሉእ፡ ንሱ ዘይብሉ ቦታ ዘየልቦ ከሎ ኣብ ኵሉ ቦታ ምሉእ ዝኾነ ንሱ ከመይ ኢሉ ይርኣ፡ መዝ 103 (102)፡22። 139(138)፡8-15። ዮሓ 1፡9።
፰ ኢሠምረ አማኑኤል ይጽብኦ ለጸላኢ በኃይለ መለኮቱ አላ በሥጋ ዘይት ዌከፍ ሞተ ወበእንተዝ ጸሐፈ ጳውሎስ ሐዋርያ ኀበ ሰብኣ ዕብራውያን እንዘ ይብል እስመ ደቂቅ ተሳተፍዎ በሥጋ ወደምሁ ወውእቱ ዓዲ ኮነ ከማሆሙ በሞቱ። ዕብ ፪፡፲፬።	8 ኣማኑኤል በቲ ሞት ዝሰማምየ ሥጋ ደኣ እምበር ብመለኮቱ ንኃይሊ ዲያብሎስ ክስዕሮ ኣይፈተወን። ስለዚ ውን ሓዋርያ ጳውሎስ፡- “ሰባት ነፍስን ሥጋን ብምውሓድ መሰልዎ፡ ንሱ ውን ብሞቱ ከምኣም ኮነ” ክብል ንሰብ ዕብራውያን ጸሓፈ። ዕብ 2-14።
፱ ወእፎኑ ይከውን ትንሣኤ እንበለ ይቅድም መዊት ዘይከውን ቅድመ ትንሣኤ ወእፎኑመ ይትከሀል መዊት ዘእንበለ ዳእሙ በልብሰተ ሥጋ ዘይ መውት እስመ መለኮት ኢይመውት።	9 እቲ ቅድሚ ትንሣኤ ዝኸውን ሞት ከይቀደመ፡ ከመይ ኢሉ ትንሣኤ ይኸውን፡ ሙማትከ ከመይ ኢሉ ይከኣል፡ መዋቲ ሥጋ ብምልባሱ እዩ ደኣ እምበር፡ ምኽንያቱ መለኮት ኣይመውትን እዩ።
፲ ኢኮነ ጥንተ ልደቱ እምአብ በሕማም ወከማሁ ኢይረክቦ ሕማመ ሞት በመለኮቱ ወኮነ ተፀንሶቱ እምድንግል ዘእንበለ ዘርእ ወበሞቱሂ ኢረከቦ ሙስና።	10 ካብ እብ ዝተወልዶ ጥንታዊ ልደቱ ብጉድለት ኣይኮነን፡ ብመለኮቱ ውን ከምኡ ሕማም ሞት ኣይረኽቦን እዩ። ፅንሰቱ ካብ ድንግል ብዘይ ዘርኢ ኮነ፡ ብሞቱ ውን ምልዋጥ ኣይረኸቦን።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 61
፲፭ ጽሑፍ በወንጌለ ማርቆስ ዘይብል ከመ ውእቱ ተከዘ ወተሀውከ ወሁከቱሰ ወትካዝ ሕማመ ነፍስ ውእቱ በከመ ይትዐወቅ ሕማመ ሥጋ ዘውእቱ ረኀብ ወጽምእ ወድካም በሐዊረ ፍኖት ወእለ ተርፉ ሕማማት ዘተወ ክፎሙ እሙነ ወአኮ በምትሐት ከመዝ ነአምን በሕማመ ነፍስ ዘውእቱ ሁከት ወትካዝ።ማር ፲፬፡፴፫። ዮሐ ፲፪፡፳፯።	11 ንሱ ከምዝጐሃየን ከምዝተከዘን ኣብ ወንጌል ማርቆስ ተጻሒፉ ኣሎ። ንህን ትካዘን ሕማም ነፍሲ እዩ። እዚ ኸኣ ምጥማይ፡ ምጽማእን መገዲ ብምኻድ ምድካምን ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ዝተቐበሎም፡ ዝተረፉ ሕማማት ናይ ሥጋ ከምዝኾኑ ምእንቲ ኽፍለጥ ንሕማም ነፍሲ ከምዚ ንኣምን። እዚ ከኣ ኃዘንን ትካዘን እዩ። ማር 14፡33። ዮሓ 12፡27።
፲፮ ወበስቀኑረተ ቅንዋት ዘተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ በከመ ይቤ ኢሳይያስ ነቢይ ውእቱ ነሥአ ደዌነ ወፆረ ሕማመነ ሐመ በእንቲኣነ ወበእንተ ኃጣውኢነ ወካዕበ ይቤ ብእሲ ድውይ እንዘ ኢልማዱ ውእቱ ወበቀኑስለ ዚኣሁ ሐዮነ ቀኑስለነ። ኢሳ ፶፫፡፬-፯። ፩ጴጥ ፪፡፳፬-፳፭።	12 በቶም ኢዱን እግሩን ዝተሸንከረሎም ቅንዋት ምውግኡ ውን ንኣምን ኢና። ነቢይ ኢሳይያስ ውን፡- “ንሱ ደዌና ወሰደ፡ ሕማምና ውን ተሸከመ፡ ምእንቲ ምድኃንና ኃጢኣትና ንምስትሥራይን መከራ ተቐበለ” ከምዝበለ። ከምኡ ውን ብባህሪኡ ሕማም ዘይብሉ ከሎ ዝሓመመ እዩ፡ ብናቱ መከራ ሥጋ ካብ መከራ ነፍሲ ድኅንና፡” በለ። ኢሳ 53፡4-7። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።
፲፯ እመቦ ዘይብል ከመ መለኮት ሐመ በቅሥፈት አው በቅንዋት አው በኵሉ ደዌ ውጉዘ ለይኩን።	13 “ኣብ ዝተገርፈሉ ወይ ኣብ ዝተሸንከረሉ ወይ ውን ኣብ ኾሉ መከራኡ፡ ንመለኮት ተሰምየ” ዝብል ሰብ እንተሎ ዝተፈልየ ዝተወገዘ ይኹን።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፲፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በውስተ መልእክቱ ኀበ አቅላንድዮስ።	14 ደጊሙ ውን እዚ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፲፱ አብዳን ሰብእ እለ አልቦሙ ሃይማኖት ያስሕቱ ሰብአ ወያስሕቱ ነፍሳቲሆሙ እንዘ ይብሉ ከመ ለትስብእተ እግዚእ አልቦቱ ነፍስ ወኢልቡና ዓዲ ይትናገሩ በላዕለ አምላክነ ብዙኃ ክሕደተ።	15 እዞም ሃይማኖት ዘይብሎም ዓያሹ ሰባት “እቲ ጐይታ ዝተዋሓዶ ሥጋ፡ ነፍስን ልቡናን የብሉን” እናበሉ ንሰብ የስሕቱን ንርእሶም የታልሉን። ከምኡ ውን ኣብ ልዕሊ ፈጣሪና ብዙኅ ክሕደት ይዛረቡ ኣለዉ።
፳፩ ወንሕነሰ ኢንፈልጦ ለእግዚአብሔር ቃል እምትስብእቱ አላ ነአምን በተዋሕዶቱ ለወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወበተዋሕዶቱሂ ኢተቶስሐ ምስለ ሥጋሁ አላ ነሥአ እምኔነ ፍጹመ ትስብእተ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና በእንተ መድኃኒተነ።	16 ንሕና ግና ንእግዚአብሔር ቃል ካብ ነፍስን ካብ ሥጋን ኣይንፈልዮን ኢና። ምስቲ ቅድሚ ኵሉ ዓለም ዝነበረ ቀዳማዊ ወልድ ዋሕድ ምውሕሓዱ ደኣ ንኣምን እምበር። ንኣና ንምድኃን ነፍስን ልቡናን ዘለዎ ፍጹም ሥጋ ካብ ባህሪና ወሲዱ ተዋሓደ እምበር ብምውሕሓዱ ምስ ሥጋኡ ኣይተሓዋወሰን።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷፩	ዘጎርጎርዮስ ም. 61
፲፯ ወቦቱ ተወክፈ ሞተ እንዘ ኢይመውት በመለኮቱ ተገምረ በሥጋ እንዘ ኢይትገመር በመለኮቱ ሰማያዊ ውእቱ ዘኢይትረከብ አስተርአየ በዲበ ምድርበልብሰተ ሥጋ አስተርአየ ዘኢያስተርኢ እስመ እግዚአብሔር ለብሰ ትሰብእተ ፍጹመ ከመ የሐድሶ ዳግመ ለብእሲ ቀዳማዊ ዘወድቀ በኃጢአት።	17 ብመለኮቱ ዘይመውት ከሎ ብሥጋ ንሞት ገንዘቡ ገበረ።ብመለኮቱ ዘይውሰን ከሎ ብሥጋ ተወሰነ። እቲ ዘይምርመር ሰማያዊ ንሱ ሥጋ ተዋሐዱ ኣብ ምድሪ ተገልጸ። እቲ ዘይረአ ተራእየ፣ ነቲ ብኃጢኣት ወዲቹ ዝነበረ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ዳግማይ ንነኽብሮ፣ እግዚኣብሔር ፍጹም ሥጋን ነፍስን ተዋሓደ።
፲፰ እመቦ ዘይብል ከመ እግዝእትነ ማርያም ኢወለደቶ ለእግዚአብሔር ቃል በሥጋ ርጉቅ ውእቱ እም እግዚአብሔር እመቦ ዘይብል ከመ ውእቱ ወጽአ እምድንግል እንዘ ኢይነሥእ እምሥጋሃ ወኢይቤ ከመ ውእቱ ፈጠረ ሥጋሁ ውስቴታ ባሕቲቱ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ እንዘ ለሊሁ ይገብር ለመለኮቱ ዘለመለኮቱ ወለትስ ብእቱ በሕገ ፍጡራን ውጉዘ ለይኩን።	18 እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ንእግዚኣብሔር ቃል ብሥጋ ኣይወለደቶን ዝብል እንተሎ፣ "ካብ እግዚኣብሔር ዝተፈልየ እዩ። ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ውን ነፍስ ከይተዋሓደ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃዲሩ ወጸ" ዝብል፣ ከምኡ ውን ናይ መለኮቱ ንመለኮት ናይ ሰብነቱ ንሰብነት ሂቡ "ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ንሱ ባዕሉ ኣብ ማኅፀና ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ" ዘይብል እንተሎ ዝተወገዘን ዝተፈልየን ይኹን።
፲፱ እመቦ ዘይብል ብእሲ ተፈጥረ ወእምዝ ቦአ ውስቴቱ እግዚአብሔር ቃል ውጉዝ ለይኩን ወዘይሔሊ ዘንተ ኢተወልደ እምእግዚአብሔር አላ ርጉቅ ውእቱ እምዝንቱ ልደት።	19 "ሰብ ተፈጥረ እሞ ብድኅር'ዚ እግዚኣብሔር ቃል ኃደሮ" ዝብል እንተሎ ዝተወግዘ ዝተፈልየ ይኹን። ነዚ ዝዛረብ ሰብ ካብ እግዚኣብሔር ኣይተወልደን፣ ካብ ውልድነት ውን ዝረኃቐ እዩ።
፳ እመቦ ዘየአምን በፀቱ ውሉድ ፭ዱ እምእግዚአብሔር ወካልእ እምድንግል ወኢይቤ ከመ ውእቱ ፭ዱ እግዚ አብሔር ቃል ይደቅ እምነ ልደት ዘሰበኩ ቦቱ ኅሩያን። ዮሐ ፩፡፲፭። ፫፡፫-፱። ቲቶ ፫፡፬-፮።	20 ብክልተ ውሉድ ማለት እቲ ሓደ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ፣ ካልኣይ ድማ ካብ ድንግል ዝተወልደ ኢሉ ዝኣምን ሰብ እንተሎ፣ "ሓደ እግዚኣብሔር ቃል እዩ ዘይብል" እንተሎ፣ ካብቲ ሓዋርያት ዝመሃርዎ ውልድነት ይፈለ። ዮሓ 1፡11። 3፡3-9። ቲቶ 3፡4-6።
፳፩ ወንሕነሰ ነአምን ርቱዓ ከመ ውእቱ ፭ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ወዘትስብእቱ ኅቡረ ወቦቱ ነፍስ ወሥጋ ዘኢኮነ ምትሐተ ወኢይትፈለጥ እንከ ለከዊነ ፪ኤ አማልክት ወኢለከዊነ ፪ኤ ሰብእ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	21 ንሕና ግና እግዚኣብሔር ቃልን ናይ ሥጋ ባህርይ ኣካልን ብተዋሓዶ ሓደ ከም ዝኾነ ቅኑዕ ሃይማኖት ንኣምን። ሓሶት ዘይኮነስ ነፍስን ሥጋን ገንዘቡ እዩ። ክልተ ፈጠርትን ክልተ ሰባትን ንምኻን ኣይክፈልን እዩ። ዮሓ 1፡1-14።
፳፪ ወእመ አኮሰ ይበሉ በእንተ ብእሲ ዘውስጥ ወበእንተ ብእሲ ዘአፍአ ወለነሰ ይደልወነ ንትናገር ተዋሕዶቶ ለመድ ኃኒነ በዘኢይትረከብ ምሥጢር ውእቱ	22 "ተዋሓደ" ካብ ዘይበልዎስ፣ ሥጋ ካብ ነፍሲ ከምኡ ውን ነፍሲ ካብ ሥጋ ፍሉይ እዩ ይበሉ። ንሕና ግና ብዘይ ምርመር ምሥጢር ነቲ ሓድነት

ዘጎርጎርዮስ ም. ፷፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 61
ክመ ፭ደ ያስተርኢ ምስለ ዘኢያስ ተርኢ ዘቦቱ ጥንት ወዘአልቦቱ ጥንት።	መድኃኒና ክርስቶስ ኽንዛረብ ይግብኣና። ዝረአ ምስቲ ዘይረአ፣ ጥንቲ ዘለዎ ምስቲ ጥንቲ ዘይብሉ ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ።
፷፫ አኮ እሙንቱ ፭ዱ ምስለ ካልእ ሐሰ አላ ፪ኤሆሙ ፭ዱ እሙንቱ በህላዌ ወበአካል ውእቱ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ወውእቱ ሰብእ ዘኮነ አምላክ በተዋሕዶተ መለኮት ዘእነግር ተዋሕዶቶ ምስለ ሥጋ በዝየ።	23 መለኮትን ትስብእትን እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ብኀብረት ዝነብሩ ኣይኮኑን። መለኮትን ትስብእትን ብባህርይ ኮነ ብኣካል ሓደ እዮም እምበር እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ኣይኃደረን። ሰብ ዝኾነ ንሱ እግዚአብሔር እዩ። በዚ ዓንቀጽ'ዚ ምስ ሥጋ ብምውሓዱ እንዛረበሉ መለኮት ብምውሓድ፣ ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ እዩ።
፷፬ ወካዕበ ከመ አነ እነግር ሀልዎቶ ወተዋሕዶቶ በሀየ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ በህላዌ መለኮቱ ከመ ኢይፍልጥ አካላተ ሥላሴ እስመ ኢይ ትፈለጡ በዘዚአሆሙ በእንተ ተዋሕዶተ መለኮቶሙ ወኢይቶስሑ በአካላት እንዘ ኢይትፈለጡ በመለኮት።	24 ከምኡ ውን ብንየው ማዕርነቱ ብባህርየ ጐይትነቱ ምስ እብን መንፈስ ቅዱስን ኣነ እዛረብ ኣለኹ። ሠለስተ ኣካላት ብባህርይ ፍሉያት እዮም ከይንብል ብመለኮት ሓደ ስለዝኾኑ በብርእሶም ኣይፍለዩን እዮም። ብመለኮት ውን ሓደ ክኾኑ ከለዉ ብኣካል ኣይተሓዋወሱን እዮም።
፷፭ እመቦ ዘይብል ከመ እግዚእነ ይገብር ተአምራተ በጸጋ ከመ ፭ዱ እምነቢያት ወኢይቤ ከመ ውእቱ ፈጠረ ለዮቱ ትስብእተ ወአስተፃመረ ፪ኤተ ዘበሥ ልጣን ለይኩን ዕሩቀ እምሥምረተ ቃል ወይኩን ፍጹመ በሥምረተ ቤልሆር።	25 "ጐይታና ከም ሓደ ካብ ነቢያት ብጸጋ ተኣምራት ይገብር" ዝብል፣ ንክዋሓድ ትስብእት ከምዝፈጠረን፣ ብሥልጣኑ ዝገበሮ ተዋሕዶ ውን ንመለኮትን ትስብእትን ሓደ ከምዝገበረ ዘይዛረብ እንተሎ፣ ካብቲ እግዚአብሔር ቃል ፈትዩ ካብ ዝህቦ ሃብቲ ዝተፈልየ ይኹን። በቲ ዲያብሎስ ፈትዩ ዘምጽኦ ፍዳ ዝተታገዘ ይኹን።
፷፮ እመቦ ዘኢይሰግድ ለዘተሰቅለ ውጉዘ ለይኩን ወይትጐለቍ ምስለ ሰቃልያነ እግዚእ እመቦ ዘይብል ከመ ውእቱ ኮነ ድልወ ለከዊነ ወልድ በእንተ ምግባር ፍጽምት እምድኅረ ጥምቀት አው እምድኅረ ትንሣኤሁ እሙታን በከመ ይቤሉ ዓላውያን በመጻሕፍ ቲሆሙ ውጉዘ ለይኩን።	26 ነቲ ዝተሰቐለ ዘይሰግድ እንተ ደኣ ኣልዩ ዝተወግዘ ይኹን፣ ምስቶም ንጐይታና ዝሰቐሉ ኣይሁድ ይቈጸር፣ እቶም ሽፋቱ ኣብ መጽሓፎም ከምዝብልዎ "ብድኅሪ ጥምቀቱ ኮነ ካብ ምውታት ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሥኡ ፍጹም ትሩፋት ስለ ዝሠርሔ ንወልድነት በቐዳ" ዝብል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፷፯ ወዝ ግብር ዘውእቱ ጥንት ወልህቀት ዘበበሕቅ ወተፍጻሜት ኢኮነ ዘመለኮት ወለእመኒ ተብህለ በእንቲአሁ ዝንቱ አኮ ለዮቱ አላ በእንተ ሥርዓተ ትሰብእቱ። ሉቃ ፩፡፴፭። ፪፡፶፩-፶፪። ፫፡፳፫።	27 እዚ ሥራሕ'ዚ ማለት ናይ ዕለት ዕንስ ምኻን፣ በብንእሽቶ ምዕባይ፣ ወዲ 30 ዓመት ጐበዝ ምኻን፣ እዚ ግብሪ መለኮት ኣይኮነን። እዚ ውን ሰብ ስለዝኾነ እዩ ደኣ እምበር ዋላ እኳ ምእንታኡ እንተ ተነግረ ገንዘብ መለኮት ኣይኮነን። ሉቃ 1፡1-31። 2፡51-52። 3፡23።

ዘጎርጎርዮስ ም. ፭፭	ዘጎርጎርዮስ ም. 61
ክፍል ፭	**ክፍል 5**
፭፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት ቀዳማዊ።	28 ደጊሙ ውን እዚ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ቅዱስ አቦ ጎርጎርዮስ ነገረ ልደቱ አብ ዝዛረብ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፭፱ ዘሀሎ እምቅድም መቅድመ ኵሉ መዋዕል ዘአልቦቱ ሥጋ ወልድ ዘእምአብ ብርሃን ዘእምብርሃን ነቅዓ ሕይወት ዘእምሕይወት ዘኢይመውት አምሳሊሁ ለአብ ዘኢይትዌለጥ ተወልደ እምድንግል ያግዕዝ ነፍስነ ወሥጋነ እምኃጢአት።ዮሐ ፩፡፩-፲፰።ዕብ ፩፡፫።	29 ቅድሚ ኵሉ ዓለም ብቅድምና ዝነበረ፡ ሥጋ ዘይብሉ ካብ አብ ዝተወልደ ወልድ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ዘይመውት ምንጪ ሕይወት፡ ዘይልወጥ ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ቀዳማዊ ንሱ ንነፍስናን ሥጋናን ካብ ፍዳ ኃጢኣት ንከድኅን ካብ ድንግል ተወልደ። ዮሐ 1፡1-18። ዕብ 1፡3።
፴ አ ለዝንቱ ሥርዓት ሐዲስ ዘእግዚአብሔር አ ለዝንቱ መንክር ተዋሕዶ ዘኢይቶሳሕ ቀዳማዊ ዘሀሎ እምቀዲሙ እንበለ ጥንት ኮነ ይእዜ ዘቦቱ ጥንት ዘኢተገብረ አስተርአየ ይእዜ ለቢሶ ሥጋ ዘተገብረ በከመ ጽሑፍ ይቤ አእምሩ ዘንተ ሐዋርያ ሊቀ ካህናት እምነትነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእመን በኀበ ዘገብሮ። ዕብ ፫፡፩-፫።	30 ነዚ እግዚአብሔር ዝገበሮ ሓድሽ ሥራሕ ኣንክሮ ይግባእ። ነዚ ምትሕውዋስ ዘይብሉ ድንቂ ዝኾነ ነዚ ተዋሕዶ'ዚ ኣንክሮ ይግባእ። ጥንቲ ዘይብሉ ብቅድምና ዝነበረ ቀዳማዊ ንሱ ሎሚ ጥንቲ ዘለዎ ኾነ። እዚ ዘይተፈጥረ ንሱ ፍጡር ሥጋ ለቢሱ ሎሚ ተገልጸ። "በቲ ሊቀ ካህናትን ሓዋርያን ዝገበሮ ብአብ እሙን ዝኾነ፡ ንእንኣምኖ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍለጡ፡" ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ። ዕብ 3፡1-3።
፴፩ ዘኢያገምሮ መካን አግመረቶ ድንግል በከርሣ ባዕል ዘይሁብ ብዕለ ኮነ ነዳየ በእንተ ሥርዓተ ትስብእት ከመ እብዓል አነ በንዴተ ዚአሁ ነሣእኩ አርአያሁ ወኢዐቀብክዎ ውእቱሰ ነሥአ ሥጋየ ከመ ያድኅነኒ ሊተ ዘገብረኒ በአር አያሁ ወረሰዮ ለሥጋየ ዘእንበለ ሞት። ዘፍ ፩፡፳፮። ፫፡፩-፲፱። ዮሐ ፩፡፩-፲፬	31 ነቲ ሰማይን ምድርን ዘይውስኖ ድንግል ኣብ ማኅፀና ወሰነቶ። ሃብቲ ዝህብ ሃብታም፡ ሰብ ብምኻኑ ድኻ ኾነ። ብናቱ ድኻ ምኻን ኣነ ምእንቲ ክኸብር እዩ። ንእኡ ምምሳል ብተፈጥሮ ናተይ ገበርኩ፡ ግና ኣይሓሰቡዎን። ንሱ ግና ብኣርኣያኡ ብመልክዑ ንዝፈጠረኒ ንኣይ ንከድኅነኒ ሥጋይ ተዋሒዱ፡ ነቲ ሥጋይ ውን ሞት ዘይብሉ ገበሮ። ዘፍጥ 1፡26። 3፡1-19። ዮሐ 1፡1-14።
፴፪ ወተሳተፈነ ዳግመ በሱታፌ ዘይፈደፍድ ወይትነከር እምቀዳሚ ቀዳሚሰ ወሀበነ አርአያሁ ክብርተ ወዳግመሰ ነሥአ ሥጋነ ጎሥርተ ወዝንቱሰ ግብር ልዑል ወአስተዋሕዶተ መለኮቱ ምስለ ሥጋነ ይትነከር ፈድፋደ እምቀዳሚ ኀበ ዘቦቱ ልብ ።	32 ካብቲ ቀዳማይ ዝያዳ ዝበልጽ ዘደንቕ ምምሳል መሰልና። ቅድም ነታ ክብሪ እተውህበ ንእኡ ምምሳል ሃበና። ዳግማይ ግና ኃሣር ዝሰማምያ ሥጋና ተዋሓደ። እዚ ሥራሕ'ዚ ድንቂ እዩ። መለኮቱ ምስ ሥጋና ምውሕሓዱ፡ በቲ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ካብቲ ዝቕደመ ዝያዳ ዝድነቕ እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፪	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 62
ምዕራፍ ፷፪ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 62 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ወብፁዕ ዮሐንስ አፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት ዘቍስጥንጥንያ ውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሃይማኖት ዘቅድስት ሥላሴ ዕሪት።	1 ንኡድ ክቡር ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ናይ ቀ·ስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ብዛዕባ ምብልላጽ ዘይብሉ ሓድነትን ሠለስትነትን ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ከምዚ በለ።
፪ አንሰ አአምን ከመዝ ዘከመ ሃይማኖተ ኵሎሙ ሐዋርያት ወሰማዕት እለ ገብሩ ምግባረ ሠናይ እስከ ዕለትነ ዛቲ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኢኀደረ ውስተ ብእሲ በከመ ይቤሉ ዐላውያን።	2 ከምቲ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ትሩፋት ዝሠርሑ ኵሎም ሓዋርያትን ሰማዕታትን ዝኣመንዎ እምነት፡ ኣነ ውን ከምኡ እኣምን እየ፡- ቃል ሥጋ ኮይኑ እዩ እሞ፡ መናፍቓን ከም ዝብልዎ ውን ኣብ ዕሩቅ ብእሲ ኣይኃደረን።
፫ አላ በፈቃዱ ወበሥምረተ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ተሠገወ እምቅድስት ድንግል ማርያም ወገብረ ሎቱ ሥጋ ውስተ ማኅፀና ለእንተ አልባቲ ርኵስ ዘከመ ለሊሁ የአምር።	3 ብፍቓዱን ብፍቓድ ኣቦኡን ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ተዋሓደ ደኣ እምበር። ንሱ ብዝፈልጦ፡ ምልዋጥ ብዘይብላ ኣብ ማኅፀን እመቤትና ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ።
፬ ወኢይክል መኑሂ እምሰብእ ያእምር ዘሀሎ ውስተ ዕመቅ ወወፅአ እማኅፀና አምላክ ቃለ አብ ዘፈጠረ ኵሎ እንዘ ለሊሁ ሰብእ ፍጹም በከመ ተጽሕፈ። ገላ ፬፡፬ ።	4 ኣብ ውሽጢ ናይ ዓሚቑ ዓሚቑ ዘሎ ማንም ካብ ሰብ ወገን ክፈልጥ ኣይክእልን። ንኮሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ናይ ኣብ ኣካላዊ ቃል ፍጹም ሰብ ኮይኑ ተወልደ ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ።ገላ 4፡4።
፭ ወጎለፈ ውስተ ኮሉ አናቅጽ በከዊነ ሕፃን ንኡስ እስከ በጽሐ ወኮነ ብእሴ ፍጹመ ዝውእቱ ዘቦቱ ኮሉ ኮነ መጠወ ርእሶ ለአይሁድ በፈቃዱ ባሕቲቱ እንዘ ውስተ እዴሁ ሥልጣነ ኮሉ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ሉቃ ፪፡፶፪-፶፫። ፫፡፳፫ ።	5 ወዲ 30 ዓመት ጐበዝ ክሳዕ ዝበጽሕ፡ ሕፃን ብምኻን ሥርዓተ ሕፃናት ፈጸመ። ኮሉ ዝተፈጥረሉ እግዚኣብሔር ቃል እዚ እዩ። ኮሉ ናቱ ሥልጣን ከሎ ብፍቓዱ ጥራይ ንኣይሁድ ርእሱ ኣጎሊፉ ሃበ። ዮሓ 1፡1-14። ሉቃ 2፡27-53። 3፡23።
፮ በከመ ይቤ ለሊሁ አነ እሜጡ ነፍስየ ቤዛ አባግዕየ ከመ መኑሂ ይሂዳ እምኔየ ብውህ ሊተ አንብራ ለነፍስየ ወብውህ ሊተ አንሣኣ ወተሰቅለ ዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ እግዚአብሔር ቃል በሥጋሁ ቅዱስ ዘኢይትረከብ። ዮሐ ፲፡፲፩-፲፱።	6 ኣነ ንከተንሥኣ፡ ሰብነተይ በኻ ኣባጊዐይ (ምእመናን) ንሕማም ንሞት ክህባ እየ። ካባይ ማንም ዝወስዳ የልቦን። ንሰብነተይ በኻ ገይረ ንሕማም ንሞት ክህባን ከተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ፡ ኢሉ ከም ዝተዛረበ። ንሱ ሓደ እግዚኣብሔር ቃል ጥራይ ብዘይ ምርመር ምሥጢር ሰብ ብምኻኑ ተሰቐለ። ዮሓ 10፡18-19።
፯ እፎኑ ሐመ ለሊሁ ባሕቲቱ የአምር ምሥጢሮ ምስለ አቡሁ ዘፈነዎ ወመንፈሱ ቅዱስ ወአልቦ ዘይክል	7 ከመይ ኢሉ ሓመመ፡ ምሥጢሩ ምስቲ ዝለኣኾ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ንሱ ጥራይ ይፈልጥ። እዚ ነገር እዚ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፪	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 62
ልቡና ይብጻሕ ኀበ አእምሮተ ዝንቱ ቃል አው ይነጽሮ መጠወ ነፍሶ በከመ ጽሑፍ ዘይብል አባ ውስተ እዴከ አመነጸን ነፍስየ ከመ ያድኅን እለ ውስተ ሰማያት ወእለ ውስተ ምድር።	መርሚሩ ክበጽሐን ክርድኦን ዝክእል ልቡና የልቦን። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ አባ አመነፅን ነፍስየ ኢሉ ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ፈለየ። እዚ ኸኣ አብ ዓለመ ሥጋን ዓለመ ነፍስን ዘለዉ ንከድኅን እዩ።
፷ ሞተ በሥጋ ዘያበጥል እዘዘ ሞት ዘውእቱ ዲያብሎስ በከመ ጽሑፍ እንዘ አልቦ መኑሂ ዘየአምር ምሥጢራቲሁ ለሊሁ የአምር ዘገብረ ከመ ያድኅነነ።ዕብ ፪፡፲፬። ቆላ ፩፡፳።	8 እቲ ሥልጣን ሞት ዘጥፍእ መለኮት ብሥጋ ሞተ። ሞት ዝተባህለ ዲያብሎስ እዩ። ከምዝተጻሕፈ ምሥጢሩ ማንም ዝኾነ ዘይፈልጦዩ፡ ንከድኅነና ዝገበሮ ንሱ ይፈልጥ። ዕብ 2፡14። ቈላ 1፡20።
፷፩ ወተንሥአ በስብሐተ አቡሁ ወፄወወ ነፍሳተ ቅዱሳን እለ ሀለዉ ውስተ ሲኦል እስመ ንጉሥ ወእግዚእ ዘኢይትመዋዕ ወዐርገ ውስተ ሰማያት በዓቢይ ስብሐት ወነበረ በየማነ አቡሁ በሥጋሁ ቅዱስ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም በዘኢይ ትረከብ ወበዘኢይትአመር ምሥጢር ። ሮሜ ፮፡፬። ፩ጴጥ ፫፡፲፱-፳፪። ፩ ጢሞ ፮፡፲፩-፲፮።	9 ብጐይትነት ኣቦኡ ተንሥአ። ኣብ ሲኦል ተሓይሮም ንዝነበሩ ነፍሳት ቅዱሳን ኣድኃነ። ንጉሥን ዘይሰዓር ጐይታን ስለዝኾነ ብፍጹም ክብሪ ጐይትነት ናብ ሰማይ ዓረገ። ብዘይምርመርን ብዘይፍለጥ ምሥጢርን ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ቡቲ ዝወሰዶ ቅዱስ ሥጋኡ ምስ እብ ማዕረ ማዕረ ተቐመጠ። ሮሜ 6፡4። 1ይ ጴጥ 3፡19-22። 1ይ ጢሞ 6፡15-16።
፲ ወሶበሂ ይፈቅድ ሕሊና ይብጻሕ ኀቤሁ ይደልዎ ብርሃኑ እፎኑ ይክል ሰብእ ይነጽር ፀሐየ ወይጠይቅ አምሳሊሁ እመሰ ለፍጡራን ኢንክል ጠይቆቶሙ እፎኑ ይትከሀለነ ጠይቆቶ ለገባሬ ኵሉ።	10 ልቢ መርሚሩ ክፈልጦ እንተ ደለየ ፍልጠቱ ይደክም። ሰብ ንፀሐይ ኽርኢ፡ ንመልክዑ ውን ክርዳእ ከመይ ኢሉ ይኽእል፡ ንፍጡራን መርሚርና ክንፈልጥ ዘይተኻእለና ደኣ ነቲ ኮሉ ዝፈጠረ ንእኡ መርሚርና ክንፈልጦ ከመይ ይከኣለና፡
፲፩ ወካዕበ ይመጽእ ለሊሁ ዳግመ በስብሐተ አቡሁ በሥጋሁ ቅዱስ በዓቢይ ግርማ ወስብሐት ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ።ማቴ ፳፭፡፴፩። ፪ቆሮ ፭፡፲።	11 ብክበበ ትስብእትን ብግርማ መለኮትን ንጐይትነቱ ገሊጹ ብሥልጣን ኣቦኡ ዳግማይ ክመጽእ እዩ። ኻኮሉ ውን ከከም ግብሩ ክኸፍሎ እዩ። ማቴ 25፡31። 2ይ ቆሮ 5፡10።
፲፪ ወለእለሰ ይሬስይዎ ሰብአ ዕሩቀ እመለኮት ወይከፍልዎ ኀበ ፪ቱ ህላዌ ለሊሁኒ ይከፍሎሙ ወይወድዮሙ ውስተ ገሃነም።	12 ነቶም ካብ መለኮት ዝተፈልየ ዕሩቅ ብእሲ ዝገብርዎ፡ ከምኡ ውን ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ እዩ ንዝብሉ፡ ባዕሉ ካብ ምእመናን ይፈልዮምን ናብ ገሃነም ይድርብዮምን።
፲፫ ወእለሂ ይሬስይዎ ለመለኮት ሐማሜ ወድኩመ ለሊሁኒ ይጠብሑሙ በሰይፈ አፉሁ ዘውእቱ ቃሉ በሊሕ ወእለሂ	13 ንመለኮት ብባህሪኡ ሓመመ ደኸመ ንዝብሉ፡ ካብ ኣፉ ብዝወፅእ ሰይፊ ከጥ ፍኡም እዩ። እዚ ድማ ፈራዲ ቃሉ እዩ። ነቶም ካብ ባህርይ ኣቦኡ ዝፈልይዎን

ዘዮሐንስ አፈወርቅ ም. ፷፪ ፥ ም. ፷፫	ዘዮሐንስ አፈወርቅ ም. 62 ፥ ም. 63
ያፈልስዎ እመለኮተ አቡሁ ወየሐፅፅዎ እምኄሁ ውእቱኒ ያሐፅያሙ ወያጠ ፍኦሙ እመንግሥተ አቡሁ ቅዱስ። ኢሳ ፲፩፡፬።ማቴ ፫፡፲፱። ዕብ ፩፡፲፪።	ብኽብሪ ብሥልጣን ካብኡ ይንእስ እዩ ንዝብልዎን፡ ንሱ ብጕይትነቱ ካብ ዘውርሳ መንግሥተ ሰማያት ክፈልዮም እዩ፡ ከውፅኦም ውን እዩ። ኢሳ 11፡4። ማቴ 5፡19። ዕብ 4፡12።
፲፬ ወከማሁ እለ ያፈልስዎ ለመንፈስ ቅዱስ ወይሬስይዎ እምካልእ አካል ውእቱኒ ይከልኦሙ ጸጋሁ ቅዱሰ።	14 ከምኡ ውን ነቶም ንመንፈስ ቅዱስ ሕፁፅ ዝገብርዎን ካብ **አብ** ዘይኮነስ ካብ ካልእ ኣካል ተረኽበ ንዝብልዎን፡ ንሱ ነቲ ፍጹም ጸጋኡ ይኽልኦም።
፲፭ ንሕነሰ ነአምን ከመዝ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ዕሩያን እሙንቱ በተዋሕዶ መለኮት ወፍጹማን በ፫ቱ አካላት ዘውእቶሙ ፩ዱ አብ ቅዱስ ወ፩ዱ ወልድ ቅዱስ ወ፩ዱ መንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።	15 ንሕና ግና ሥሉስ ቅዱስ ብሓድነት መለኮት ማዕረ፡ ብሥለስተ ኣካላት ከኣ ፍጹማን ከምዝኾኑ ከምዚ ንኣምን። ንሳቶም ውን ሓደ ቅዱስ **አብ**፡ ሓደ ቅዱስ **ወልድ**፡ ሓደ ቅዱስ **መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ቅድሚ ዓለም ዝነበሩን ንዓለም ኣጎሊፎም ዝነብሩን እዮም።ኣሜን ብሓቂ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፷፫ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 63 ክፍሊ 2።**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ ዮሐንስ አፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት ዘቀኍስጥንጥንያ ዘንተ በድርሳኑ ውስተ ትርጓሜ መልእክቱ ለጳውሎስ ሐዋርያ ብፁዕ ጎበ ዕብራውያን ወውእቱ ሳብዕ ድርሳኑ እምትርጓሜሁ።	1 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ቀ-ስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ንመልእኽቲ ብፁዕ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ዕብራውያን ኣብ ዝተርጕመሉ ዓንቀጽ ነዚ በለ። እዚ ድማ ካብ ትርጓሜኡ ሻብዓይ ዓንቀጽ እዩ።
፪ ኢነሥአ ለዘነሥአ እመላእክት አላ ነሥአ እምዘርአ አብርሃም።ዕብ ፪፡፲፮።	2 እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ባህርይ ኣብርሃም ወሰዶ ደኣ እምበር ካብ ባህርየ መላእክት ዝወሰዶ ኣይኮነን።ዕብ 2፡16።
፫ ኦ ለዝንቱ ፍቅር ዐቢይ ኦ ለዝንቱ ፍቅር እምኀበ እግዚአብሔር ለትዝምደ እጓለ እመሕያው ዘኢይትነገር ዝንቱ ዘኢከሠቶ ለመላእክት።	3 ነዚ ዓቢይ ፍቕር'ዚ ኣንክሮ ይግባእ። ካብ እግዚኣብሔር ንደቂ ሰብ ዝተገብረ ነዚ ዘይምርመር ፍቕር'ዚ ኣንክሮ ይግባእ። እዚ ንመላእክቲ ዘይገበሮ እዩ።
፬ ለቡ ዘተብህለ ወኢተሐሊ ከመ ንስቲት ክብር ይእቲ ዘነሥአ እግዚአብሔር እምኄነ እስመ ኢወሀበ ዘንተ ለመላእክት ወኢህላዌ መላእክት እንተ ተወክፈቶ ህላዌ ዚአነ።	4 ነቲ ዝተባህለ ኣስተውዕል። እግዚኣብሔር ካብ ባህርይና ዝተዋሓዶ ተዋሕዶ ንእሽቶ ክብሪ ኣይምሰልካ። ከመይ ነዚ ነገር'ዚ ንመላእክቲ ኣይገበሮን። ዝተዋሓዶስ ናትና ባህርይ እዩ እምበር ባህርየ መላእኽቲ ኣይተዋሓደን፡።
፭ ለምንት ኢይቤ እምህላዌነ ነሥአ አላ ይቤ ነሥአ ለህላዌነ ከመ ብእሲ ዘተ-ነጥአ ፍቅሩ ወሮፀ ለኃጢሦቱ እስከ	5 “ባህሪና ተዋሒዱ” በለ እምበር፡ ካብ ባህርይና ከፊሉ ተዋሓደ ስለምንታይ ኣይበለን፡ ከምቲ ፈታዊኡ ዝኾብለለ እሞ ክሳዕ ዝረኽቦ ዝኸይድን ዝረኽቦን ሰብ፡-

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
ረከቦ ወነሥአ ከመዝ ህላዌ ዚአነ ተንጥአት እምእግዚአብሔር ወርኅቀት እምኔሁ ጥቀ ወሮፀ ድኅሬሃ እስከ ረከባ ወነሥአ ወይእቲኒ ተወክፈቶ ወክሡተ ግብር እስመ ውእቱ ገብረ ዘንተ በአፍቅሮቱ ኪያነ ። መኃ ፫፡፬። ማቴ ፲፮፡፲፪-፲፬።	ከምኡ ድማ ናትና ባህርይ ከምዚ ካብ እግዚአብሔር ተፈልያን ካብኡ ፈጺማ ርሒቓን ስለዝነበረት፡ ሥጋ ብምኻን ናቱ ክሳዕ ዝገብራ በጺሑ ቀልጢፉ ደለያ፡ ንሳ ውን ተዋሓደቶ። እዚ ተዋሕዶ እዚ ንኣና ብምውሓድ ከምዝገበሮ ፍሉጥ እዩ። መኃ 3፡4። ማቴ 18፡12-14።
፮ ኦ ለዝንቱ መንክር ዘምሉእ ፍርሃት ቦኑ ሱታፌ ዘይፈደፍድ እምዝንቱ ከመ ይፃእ ሥጋ እምህላዌነ ዘይነብር በየማነ እግዚአብሔር ወይሰግዱ ሎቱ መላእክት ወሊቃነ መላእክት ኪሩቤል ወሱራፌል ። ዕብ ፩፡፫-፭።	6 ንዘይድፈር ነዚ ግሩም ምሥጢር'ዚ ኣንክሮ ይግባእ። ምስ እግዚኣብሔር ተተኻኺሉ ዝነብር፡ ከምኡ ውን መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ሱራፌልን ኪሩቤልን ዝሰግዱሉ እዚ ሥጋ ካብ ባህርይ ኽርከብ ካብዚ ዝበልጽ ሓድነት ኣሎ ድዩ!! ዕብ 1፡3-8 ።
፯ ለዝንቱ ሶበ እዜከሮ ብዙኃ ጊዜያተ አነክር እምኔሁ ወእዴመም ወእኔጽር ብዙኃ ክብራተ ዘአልቦቱ ወሰን ዘረከበ እንለ እመሕያው ወፍቅረ ዐቢየ ዘኢይ ትነገር ዘረከበ ህላዌነ ዘእምእግዚ አብሔር። ዮሐ ፫፡፲፮-፲፰። ፲፯፡፳፮። ፩ዮሐ ፫፡፩።	7 ነዚ ደጋጊመ ኣብ ዝሓስበሉ ጊዜ፡ ሰብ ዝረኸቦ ልክዕ መጠን ዘይብሉ ፍጹም ክብርን፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተገብረ ባህርይና ዝረኸቦ ዓቢይ ፍቕርን ርእየ በዚ ኣድንቕ ኣሎኹ። ዮሓ 3፡16-18። 17፡26። 1ይ ዮሓ 3፡1 ።
፰ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ርቱዕ ይትመሰሎሙ ለአኃዊሁ በኵሉ ምንት ውእቱ ብሂለ ኵሉ ዘእንበለ ልደቱ ሰብአ ፍጹመ ከማነ ወተወክፎቱ ኵሉ ዘይደሉ ለሥጋ ከማነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ዘውእቱ ፅንስ ወልደት በሊዕ ወሰትይ ንዋም ወድካም ሕማም ወሞት በፈቃዱ። ዕብ ፪፡፲፯።	8 ስለዚ “ንኣኀዋቱ (ደቂ ኣዳም) ብኵሉ ክመስሎም ይግባእ” በለ። “ኵሉ” ዝበሎ እንታይ እዩ፡ ከማና ፍጹም ሰብ ኮይኑ ምውላዱ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ከማና ንሥጋ ዝሰማማዕ ኵሉ ምሥርሑ እዩ። እዚ ውን ብፍቓዱ ዝገበሮ ምፅናስ፡ ምውላድ፡ ምብላዕ፡ ምስታይ፡ ምድቃስ፡ ምድካም፡ ምሕማምን ሙማትን እዩ።
፱ ነጽር እፎ ከሠተ ጳውሎስ አፍቅሮተ እግዚአብሔር ኪያነ እስመ ቀደመ ወተናገረ በእንተ ልዕልና ስብሐቲሁ እንዘ ይሰምዮ ወልደ አብ ወፀዳለ ስብሐቲሁ ወአርአያ ገጹ።ዕብ ፩፡፩-፬።	9 እግዚኣብሔር ንኣና ምፍታዉ፡ ቅዱስ ጳውሎስ ከመይ ጌሩ ከምዘረድኣና ኣስተውዕል። “ወልደ አብ፡ መፍለጢ ጐይትነቱ፡ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ እዩ፡” ክብል ነቲ ልዑል ጐይትነቱ ኣቐዲሙ ተዛረበ።ዕብ 1፡1-4።
፲ ወእምድኅረዝ ሜጠ ነገሮ መንገለ ሥርዓተ ትስብእት ወይቤ ከመ ውእቱ ተመሰሎሙ ለአኃዊሁ በኵሉ። ዕብ ፪፡፩-፯።	10 ብድኅር'ዚ ነገሩ ናብ ምሥጢር ሰብ ምኻን መሊሱ፡ “ንሱ ንኣኀዋቱ (ደቂ ኣዳም) ብኵሉ ከምዝመሰሎም” ተናገረ። ዕብ 2፡1-7 ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፳፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
፲፩ ውእቱሰ ነበበ እንዘ ይብል ዝንቱ ጳውሎስ ዐቢይ ዘቦቱ መጠነ ዝንቱ ክብር ዘውእቱ ፀዳለ ስብሐተ አብ ወአርአያ ገጹ ዘፈጠረ ኵሎ ዓለመ ዘይነብር በየማነ አቡሁ በአርያም ዘኢይትረከብ ሠምረ ወበጽሐ ይኩነነ እኁው ወይትመሰል ኪያነ በኵሉ።	11 ንሱ ጳውሎስ ከምዚ በለ፡- ክንድ'ዚ ዝኣክል ክብሪ ዘለዎ ዓቢይ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። እዚ ድማ ናይ አብ መፍለጢ ጐይትኑቱ፡ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ነዚ ኵሉ ዓለም ዝፈጠረ ብልዕልና ምስ ኣቦኡ ብማዕረ ዝነብር እዩ። ዘይምርመር ንሱ፡ ብባህርይ ዘመድ ንክኾነናን ብኵሉ ፈጺሙ ንክመስለናን ፈተወ ።
፲፪ ኀዲጎ መላእክተ ወኃይላተ ሰማያውያነ ወረደ ኀቤነ ወነሥአ እምህላዌነ ወገብረ ለነ ሠናያተ ብዙኃ ወመሰዎ ለሞት ወነሠተ ምልክናሁ ለዲያብሎስ ወአውዕአነ እምቅኔሁ መሪር ወአክበረነ በኵሉ ክብር።	12 ኣብ ሰማይ ንዘለዉ ኃይላትን መላእክትን ኃዲጉ፡ ናባና መጺኡ፡ ንባህርይና ባህርይ ጌሩ ብዙኅ ለውሃት ገበረልና። ንሞት ኣጥፍኡ። ሥልጣን ዲያብሎስ ሠዓረን ካብቲ መሪር መግዛእቱ ኣድኃንናን። ብፍጹም ክብሪ ውን ኣኽበረና።
፲፫ ወአኮ ይኩነነ እኁው ባሕቲቶ አላ ተሣሃለነ ፈድፋደ ወፈቀደ ዓዲ ይኩነነ ሊቀ ካህናት ለኀበ አብ ከመ ይሥረይ ኃጢኣተነ ወበእንተ ዝንቱ ወሰከ በዲበ ነገሩ ወይቤ ከመ ይኩኖሙ መሐሬ በኵሉ ምእመን ሊቀ ካህናት ለመንገለ እግዚአብሔር ከመ ይሥረይ ኃጢኣተ ሕዝብ ። ዕብ ፪፡፲፯።	13 ሰብ ዝኾነ ዘመድ ንክኾነና ጥራይ ኣይኮነን። ፈጺሙ ይቕረ በለልና፡ ኃጢኣትና ንምስትሥራይ፡ ምስ አብ ንምትዕራቕ ሊቀ ካህናት ንክኾነና ፈተወ ደኣ እምበር። ስለዚ ድማ "ንሰባት ክመስሎም ይግባእ" ኣብ ዝበሎ ወሲኹ፡ ብኵሉ ርኀሩኀ ኃጢኣት ሕዝቢ ንምሥትስራይ ብእግዚኣብሔር እሙን ኣተዓራቒ ንክኾኖም እዩ፡በለ። ዕብ 2፡17።
፲፬ ይቤ ዘንተ በእንተ ዘተወክፈ ሥጋነ ከመ ይምሀረነ በእንተ ትስብእቱ ወአልቦ ምክንያት ለትስብእቱ ዘእንበለ ዝንቱ ባሕቲቱ መኑ ውእቱ ሊቀ ካህናት ምእመነ ዘእንበሌሁ ዘይክል ለሊሁ ወባሕቲቱ ሠራዔ ኃጢኣት ወምንት ውእቱ መሥዋዕት ዘአዕረጎ በእንተ ዝንቱ ሥርዓት ዘእንበለ ሥጋሁ ባሕቲቱ ዘነሥአ በእንተ ዝንቱ ግብር።	14 ንባህርይ ስለ ዝተዋሓደ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ኀኽምህረና ነዚ ተዛረበ። ሰብ ክኸውን ዝገበሮ ንምትዕራቕን፡ ኃጢኣት ንምሥትስራይን እዩምበር ካልእ ምኽንያት የብሉን። ብዘይካኡ በይኑ ኃጢኣት ምሥትስራይ ዝከኣሎ ዝተኣምነ ኣተዓራቒ መን እዩ፡ ንምትዕራቕን ኃጢኣት ንምስት ሥራይን ዘቕረቦ መሥዋዕትስ እንታይ እዩ፡ መሥዋዕቲ ንምኻን ዝወሰዶ ሥጋኡ ጥራይ እዩ እምበር።
፲፭ እስመ ለሊሁ ነጸረነ ወናሁ ኮነ አጽራረ ለእግዚአብሔር ወአልብነ ምንትኒ ግሙራ ዘይክል ያቅርበነ ኀቤሁ ለዐቂበ ሀብቱ ኢኪዳን ወኢመሥዋዕት ወበእንተ ዝንቱ ተሣሃለነ ወኢያንሥአ ለነ ሊቀ ካህናት እመላእክት ወኢእም ኃይላት እለ ይቀውሙ ዐውደ መንበሩ። ኢሳ ፷፫፡፱። ፷፬፡፮። ዕብ ፭፡፩-፬ ።	15 ንሱ ጠመተና። እንሆ ጸላእቲ እግዚኣብሔር ኮይንና ተረኽብና፡ ሃብቱ ንምርካብ፡ ናብኡ ዘቕርበና ኪዳን ኮነ መሥዋዕት ፈጺሙ ኣይነበረናን። ስለዚ ይቕረ በለልና። ካብቶም ንዝፋኡ ከቢቦም ዝቐሙ መላእኽትን ኃይላትን ሊቀ ካህናት ኣይሾመልናን። ኢሳ 63፡9። 64፡6። ዕብ 5፡1-4።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፭፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
፲፮ አላ ፩ዱ ለሊሁ ወረደ ወተሠገወ እምህላዌነ ወኮነ ሊቀ ካህናት ወአዕ ረገ በእንቲአነ ሥጋሁ መሥዋዕተ ለአቡሁ ወአብጽሐነ ሎቱ በዘቦቱ ሐመ ። ዕብ ፱፡፭፣፭ ።	16 እኂ ደኅ ንሱ ሓደ ናብዚ ዓለምዚ ወራዱ ንባህሪና ባህሪኡ ጌሩ ሊቀ ካህናት (መተዓረቒ) ኮነና፡ ናብ ኣቦኡ ውን ምእንታና ንሥጋኡ መሥዋዕቲ ጌሩ ኣቕረበ፡ በቲ ዝሓመመሉ ሥጋኡ ንእኡ ናቱ ገንዘብ ንምኻን ኣብቅዓና። ዕብ 9፡28።
፲፯ ይቤ ከመ ውእቱ ተመከረ እንዘ ለሊሁ ይክል ረድኤቶሙ ለእለ ይት ሜከሩ ወዝንቱ ነገር ሕፁፅ ወትሑት ጥቀ ወኢይደሉ በእግዚአብሔር ወዳእሙ ተናገረ በእንተ ድካመ ሰማዕ ያን ከመ ያፍቅርዎ ወይትወከፍዎ ጥቀ ዘከመ ይብል አኮ ዘይረድአነ አእሚሮ ድካመነ አላ ሐመ በእንቲአነ ከዊኖ ሰብአ እንዘ ርሑቅ ውእቱ እምኮሉ ሕማም በመለኮቱ ። ዕብ ፪፡፲፭።	17 ነቶም መከራ ዝቕበሉ ከድጎን ዝከኣሎ ከሎ፡ ንሱ መከራ ከም ዝተቕበለ ተዛረበ። እዚ ፈጺሙ ትሑትን ተራ ነገርን እዩ። ንእግዚኣብሔር ውን ክንገር ኣይግባእን። ፈተዮም ንክቕበልዎ ስለ ድኹም ኣእምሮ ሰማዕቲ ሰባት ደኣ ተዛረበ እምበር። ንድኻምና ፈሊጡ ኣይረድኣናን (ኣየድኃነ ናን)። ብባህሪኡ ሕማም ሞት ዘይብሉ እንከሎ ደኣ ምእንታና ሰብ ኮይኑ ሓሚሙ ሞይቱ ኣድኃነና እምበር ብምባል ነገሮም። ዕብ 2፡18።
፲፰ ምንት ውእቱ ባህሉ እንዘ ለሊሁ ይክል ረድኤቶሙ ለእለ ይትሜከሩ ወዳእሙ ይብል ከመ ውእቱ ይረ ድኦሙ በጻሕቅ ዐቢይ በመከራሆሙ እስመ በሕማሙ አእመረ ምንዳቤሁ ለሕማም።	18 ነቶም ብመከራ ዝፍተኑ ከድጎን ዝከኣሎ ከሎ፡ እንታይ ማለት እዩ፧ ብሕማሙ ነቲ መጥፍኢ ሕማም ስለዝፈለጠ ኣብ ጊዜ መከራኡም ሓሚሙ ሞይቱ ከምዘድኃኖም ንምዝራብ እዩ እምበር።
፲፱ ለምንት ይቤ ከመ ይሥረይ ኃጢኣተ ሕዝብ ወኢይቤ ኃጢኣተ አሕዛብ እስመ ኮነ ጻሕቂ በእንተ ሕዝብ ቅድመ ወእምድኅረዝ ለኮሉ አሕዛብ በከመ ይቤሎ መልአክ ለዮሴፍ ወይሰመይ ስሙ ኢየሱስሃ ዘያድኅኖሙ ለሕዝቡ እምኃጢአቶሙ። ማቴ ፩፡፳-፳፪ ። ሉቃ ፩፡፴-፴፪ ።	19 ኃጢኣት ሕዝቢ ንምስትሥራይ ስለምንታይ በለ፧ ናይ ኣሕዛብ ኃጢኣት ንምሥትስራይ ኣይበለን። ፍቓዱ ቅድም ንእስራኤል ደኃር ንኣሕዛብ ምድኃን ስለዝኾነ እዩ። “ስሙ ኢየሱስ ይበሃል፡ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም እዩ፡” ክብል መልኣክ ንዮሴፍ ከምዝነገሮ። ማቴ 1፡20-22። ሉቃ 1፡30-32።
፳ ዝንቱ ዘንሴፎ ንሕነ ይኩን ቅድመ እስመ ውእቱ መጽአ በእንተዝ ከመ ያድኅኖሙ ለሕዝበ እስራኤል ቅድመ ወእምድኅሬሆሙ ያድኅን አሕዛበ።	20 ቅድም ንኽግበር ንሕና ተስፋ እንገብሮ ዝነበርና እዚ እዩ። ንሱ ሰብ ዝኾነ፡ ቅድም ንሕዝበ እስራኤል ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም፡ ድኅሪኡም ከኣ ንኣሕዛብ ንከድኅን እዩ።
፳፩ እልክቱሰ ኮኑ እንበለ ፈውስ ወናሁ ከሠተ ዘንተ ሐዋርያ በካልእ ገጸ መካን እንዘ ይብል ኦ ዕደው ዘርአ አብርሃም ተፈነወ ኀቤክሙ ዝንቱ ዘውእቱ ቃለ መድኃኒት ። ግብ ሐዋ ፲፫፡፳፮ ።	21 ግና ንሳቶም (እስራኤል) ካብ ድኅነት ወጹ። ነዚ ውን ሓዋርያ ኣብ ካልእ ዓንቀጽ፡- “ኣቱም ደቂ ኣብርሃም እዚ ድኅነት ዝርከበሉ ቃል ናባኻትኩም መጽአ።” ክብል ኣረዲኡ ኣሎ። ግብ ሐዋ 13፡26።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፭፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
፭፪ ወካዕበ ይቤ መፍትው ከመ ትትናገሩ ቅድመ በቃለ እግዚአብሔር ወአንትሙ ታሰትትዎ ወኢታስተዳልዉ ነፍሰክሙ ከመ ትርከቡ ሕይወተ ዘለዓለም ከመ አዘዘ እግዚእ ወይቤ እስመ አነ ረሰይኩክ ብርሃነ ለአሕዛብ ከመ ትኩኖሙ መድኃኒተ እስከ አጽናፈ ምድር። ኢሳ ፵፱፥፮። ግብ ሐዋ ፲፫፥፵፮-፵፰። ዕብ ፭፥፲፩-፲፫።	22 ከምኡ ውን ቅድም ብቓል እግዚአብሔር ንኣኻትኩም ምእማን ይግባእ ነይሩ። ንሸኻትኩም ግና ትንዕቅዎን ተቃልልዎን ኣለኹም፥ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ንምርካብ ሰብነትኩም ኣየዳለኹምን። “ክሳዕ ወሰን ምድሪ ንዘለዉ መድኃኒት ኾንክትኮኖም ነሕዛብ ብርሃን ገበርኩኻ፥” ክብል ጐይታ ከምዝተናገረ። ኢሳ 49፥6። ግብ ሐዋ 13፥ 46-48። ዕብ 5፥11-13።
፭፫ ወእግዚእነሂ ይቤሎሙ ለአርዳኢሁ ቅድመ ኢትሑሩ ኀበ አሕዛብ አላ ሑሩ ኀበ አባግዕ ዘተገድፋ ዘቤተ እስራኤል ከመዝ ነገሮሙ ለአርዳኢሁ ፈቂዶ ያድኅን ሕዝቦ ቅድመ። ማቴ ፲፥፭።	23 ኣቐዲሙ ውን ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ “ናብ ኣሕዛብ ኣይትኺዱ፥ ትምህርቲ ስኢኖም ናብ ዝተጐድኡ ወገናት እስራኤል ደኣ ኪዱ” በሎም። ኣቐዲሙ ንሕዝቡ ከድኅን ፈትዩ ንደቀ መዛሙርቱ ከምዚ ክብል ኣዘዞም። ማቴ 10፥5።
፭፬ ወሶበ ፈጸመ ኵሎ ሥርዓተ ምስሌሆሙ ወኮኑ እንበለ ፈውስ በእንተ ዐመፃሆሙ አሜሃ ፈነወ ሐዋርያቲሁ ኀበ አሕዛብ እንዘ ይብል ሑሩ ወመሀሩ ኵሎ አሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ለሥርየተ ኃጣው ኢሆሙ ። ማቴ ፳፰፥፲፱ ።	24 ኵሉ ሥርዓተ ሰብነት ድኅሪ ምፍጻሙ፥ እስራኤል ብእምቢትነቶም ካብ ድኅነት ምስ ተፈልዩ፥- ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ “ኬድኩም ንኵሎም ኣሕዛብ መሃሩ፥ ኃጢኣቶም ንክሥረየሎም ውን ብስም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ኣጥምቕዎም” ኢሉ ለኣኾም። ማቴ 28፥19።
፭፭ ወካዕበ ይቤ ሐዋርያ በእንተ ዝንቱ አኃውየ ንጹሐነ ሱቱፋን ኅርየተ ሰማያዊ ከማነ ኢትኅሥሡ ዕሤተ በዝ መካን እስመ ዐስብክሙ ወዕሤትክሙ ይከውን ለክሙ ውስተ ዝኩ መካን እስመ ኮንክሙ ውስተ ዝንቱ ኅርየት። ቈላ ፫፥፭-፬። ዕብ ፫፥፭ ።	25 ከምኡ ውን ሓዋርያ ምእንቲ'ዚ፥- “ካብ ኃጢኣት ካብ ክሕደት ዝረሓቕኩም ከማና ብሰማያዊ ውልድነት ሓደ ዝኾንኩም ኣኀዋተየ፥ ዋጋኹም ካብዚ ዓለም ኣይት ድለዩ። ኣሚንኩም እንተተጠሚቕኩምሲ ፍጹም ዋጋኹም ኣብ መንግሥተ ሰማያት ክወሃበኩም እዩ” በለ። ቈላ 3፥1-4። ዕብ 3፥1።
፭፮ ወእምዝ ይቤ ርእይዎ ለዝንቱ ሐዋርያ ሊቀ ካህናት እምነትነ ሰመዮ ሐዋርያ በእንተ ዘፈነዎ አብ ወሊቀ ካህናት እምነትነ በእንተ ዘአመነ ቦቱ እስመ ውእቱ ይተነብል በእንቲአነ ለእለ አጥረየነ ሎቱ ሕዝበ ጻድቀ ቀናኤ ለምግባረ ሠናይ። ዮሐ ፲፯፥፩-፳፭ ።	26 ብድኅር'ዚ “ነቲ እንኣምኖ መተዓረቒ ሓዋርያ ንእኡ ኣብነት ግበርዎ፥” በለ። **አብ** ካብቲ ሰማያዊ ዓለም ናብዚ ዓለም'ዚ ስለዝለኣኾ “ሓዋርያ” በሎ። ስለዝኣመናዮ፥ ንሠናይ ምግባር ቀናኣት ዓቢይ ሕዝቢ ጌሩ ናቱ ገበረና ከምኡ ውን ንኣና ስለ ዝተበጀወና፥ እነኣምኖ ሊቀ ካህናት (ኣተዓራቒ) በሎ። ዮሓ 17፥1-26።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
፷፯ ይቤ ኢየሱስ ክርስቶስ ጻድቅ ወምእመን በጎበ ዘገብሮ ይብል እስመ ንሕነ ነአምር ከመ ውእቱ ይቀውም ሠናየ ለሕዝቡ ወኢየጎድጎሙ ይማስኑ።	27 ኢየሱስ ክርስቶስ፣ በቲ ሐዋርያ ሊቀ ካህናት ዝገበሮ ብኣብ ዝተኣመነ ሓቀኛ እዩ በለ። እዚ ኸኣ ንወገናቱ ሠናይ ኣገልግሎት ንኸገልግልን፣ ንክጉድኡ ሸለል ከምዘይብሉምን ንሕና ምእንቲ ክንፈልጥ ነዚ ተዛረበ።
፷፰ ወዘሰ ይብል ጎበ ዘገብሮ ይብል ዘንተ ከመ ውእቱ ገብሮ ሐዋርያ ወሊቀ ካህናት ወኢተናገረ በዝየ በእንተ ህላዌ መለኮት አላ ተናገረ በእንተ ሥርዓተ ትስብእቱ እስመ ትስብእቱ ግቡር ውእቱ።	28 “ገብሮ” ዝበሎ ውን ሓዋርያ ሊቀ ካህናት ጌሩ ከምዝሾሞ ንምንጋር እዩ። ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ኣምላኽ ብዛዕባ ሰብ ዝኾነሉ ሥርዓት ደኣ ተዛረበ እምበር ብዛዕባ ባህርየ መለኮት ኣይተዛረበን። ከመይ ሥጋ ፍጡር እዩ።
፷፱ ወበእንተ ድካመ ሰማዕያን ይቤ በከመ ሙሴ በኵሉ ቤቱ ለምንትኑ አስተማሰሎ በሙሴ ዘእንበለ ዳእሙ በእንተ ድካመ ሰማዕያን ከመ ኢይፍ ፅሙ ዕዘኒሆሙ እምሰሚዐ ዝንቱ ነገር እስመ አኮ ጎዳጠ ክብረ ዘይትአመኑ ዕብራውያን በዝ ብእሲ ሙሴ እምድኅረ ሃይማኖቶሙ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወበእንተዝ አኀዘ ያስተማስሎ በሙሴ በእንተ ትስብእቱ።	29 ብሰንኪ ድኹም ኣእምሮ ናይቶም ዝሰምዕዎ ሰባት፣ “ንኵሎም ወገናቱ ከም ሙሴ እዩ” በለ። ስለቲ ድኹም ኣእምሮ ዝሰምዕዎ ሰባት ክብል እዩ እምበር፣ ብሙሴ ንምንታይ ምመሰሉ ነይሩ፧ እዚ ነገር'ዚ ካብ ምስማዕ ኣእዛኖም ንከይጽምሙ እዩ። ድኅሪ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማኖም ዕብራውያን በዚ ሰብ'ዚ ብሙሴ ዝኣመንዎ እምነትን ዘኽብርዎ ኽብርን ውጉድ ኣይኮነን እሞ፣ ምእንቲ'ዚ ሰብ ስለ ዝኾነ (በቲ ትስብእቱ) ብሙሴ መሲሉ ክዛረብ ጀመረ።
፸ ወእምዝ በበሕቅ ዘከረ መለኮቶ እስከ ረሰዮ እግዚአ ለሙሴ ቅድመ ረሰዮ ዕሩየ ምስሌሁ በብሂሎቱ ዘከመ ሙሴ ላዕለ ኵሉ ቤቱ እስመ ቤቱ ለሙሴ እሙንቱ ሕዝብ።	30 ክሳዕ ንሙሴ ገዛኢ ፈጣሪ ጌሩ እናረድኣ፣ ድኅር'ዚ ብዛዕባ ኣምላኽነቱ በብቑሩብ ተዛረበ፣ “ኣብ ልዕሊ ወገናቱ ከም ሙሴ እዩ” ብምባል ቅድም ምስኡ ማዕረ ጌርዎ ነበረ። ምኽንያቱ ናይ ሙሴ ወገናት እቶም ሕዝቢ ስለዝኾኑ።
፸፩ ወእምዝ ከሠተ ልዕልናሁ ለእግዚእነ ክርስቶስ በበሕቅ እንዘ ይብል ወለዝንቱ ይደልዎ ክብር ፈድፋደ እምዘሙሴ ወዘንተ ይቤ በእንተ መለኮቱ ወይቤ በከመ የዐቢ ክብሩ ለበዐለ ቤት እምነ ቤቱ እምነ ቤቱ የዐቢ ገባሪሁ ነጽር ዘከመ እፎ ተሰምየ ሙሴ ግቡረ ወእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ገባሬ።	31 ብድኅር'ዚ በብቑሩብ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽነቱ ኣረድኣ። “ካብ ክብሪ ሙሴ ዝያዳ ዝበልጽ ክብሪ ንእኡ ይግባእ” በለ። ነዚ ብዛዕባ ኣምላኽነቱ ተዛረበ። ካብ ክብሪ ቤት፣ ናይ በዓል ቤት ክብሪ ከም ዝበልጽ፣ ካብቲ ሥራሕ ውን እቲ ሠራሒኡ ይበልጽ በለ። ሙሴ ፍጡር፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ፈጣሪ ከም ዝተባህለ ኣስተውዕል።!
፸፪ እመሰ ቤት እሙንቱ ሕዝብ ወሙሴኒ እምነ ሕዝብ ውእቱ ወእመኒ አስተማሰሎ ለእግዚእነ ክርስቶስ	32 ቤት ዝተባህሉ ሕዝቢ ካብ ኮኑ ሙሴ ድማ ሓደ ካብቶም ሕዝቢ እዩ። ቤት ዝተባህሉ ሕዝቢ እዮም። ንጐይታና

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፫	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63
ገባሬሁ ለቤት ዘውእቶሙ ሕዝብ ናሁ አግሀዶ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ወከሠተ ዝንቱ እንዘ ይብል እስመ ለኵሉ ቤት ሰብእ ገባሬሁ ወለኵሉሰ እግዚአብሔር ገባሪሁ።	ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ነቶም ሕዝቢ ዝተባህሉ፡ ናይቲ ቤት ሓናፂ ካብ ገበሮ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ኣረድአ። ንኵሉ ቤት ዝሓንፅ ሰብ እዩ፡ እቲ ንኵሉ ዝፈጠረ ግና እግዚአብሔር እዩ ብምባል ኣረድአ።
፴፫ ይቤ ሙሴሂ ምእመን በኵሉ ቤቱ ከመ መጋቢ ይኩኖ ስምዐ በኵሉ ዘነበበ ወክርስቶስ ከመ ወልድ ውስተ ቤቱ ወዝንቱ ፍልጠት ዐቢይ እስመ ለሙሴ ሰመዮ መጋቤ ወለክርስቶስ ሰመዮ ወልደ።	33 ንሙሴ፡ ኣብቲ ኵሉ ዝዛረቦ መስካሪ ንክኾኖ "ኣብ ልዕሊ ኵሎም ወገናቱ ከም መጋቢ ኾይኑ እሙን ነበረ። ክርስቶስ ግና ናይ ባህርይ ወልድ ብምኻኑ ኣብ ልዕሊ ምእመናን ይኃድር" በለ። እዚ ፍልልይ ዓቢይ እዩ። ከመይ ንሙሴ መጋቢ ኢሉ ንክርስቶስ ግና ናይ ባህርይ ወልድ በሎ።
፴፬ ነጽር ዘከመ እፎ ፈድፋደ አልዐለ እምነ ሙሴ በጎበ እለ ይሰምዕዎ ወሰመዮ ለሙሴ ግቡረ ወለክርስቶስ ገባሬ ለሙሴሂ ምእመን ላዕለ ኵሉ ቤቱ ይኩኖ ስምዐ ለኵሎሙ እለ ይነቦሙ ። ዕብ ፫፡፩-፮ ።	34 ኣብቶም ዝሰምዕዎ፡- ዝያዳ ካብ ሙሴ ንክርስቶስ ፈጺሙ ከም ዘልዓሎ ኣስተውዕ ል። ንሙሴ ፍጡር በሎ፡ ንክርስቶስ ግና ፈጣሪ በሎ። ንሙሴ ኣብቲ ኵሉ ዝዛረቦ ምስክር ንክኾኖ ኣብ ኵሉ ቤቱ እሙን እዩ፡ በሎ። ዕብ 3፡1-7።
፴፭ ምንተ ትቤ ኦ ጳውሎስ ቦኑ እግዚአብሔር ይፈቅድ ስምዐ ዘእንለ እመሕያው ወይቤ እወ ጎድግሰ ሰብአ ያቀውም ስምዐ ሰማየ ወምድረ ወኮኵሐ ለሰሚዕ ዘኢይትናገር ።	35 ኦ ጳውሎስ እንታይ ትብል ኣሎኻ፡ ብሓቂዶ እግዚአብሔር ናይ ሰብ ምስክርነት ይደሊ እዩ፡ ይደሊ እዩ እወ ትብል እንተ ኾንካ፡ ይትረፍዶ ሰብሲ ነቲ ዝብሎ ንምምስካር ሰማይን ምድርን እምንን ምስክር ጌሩ ይጽውዕ ክብል ይምልሰልካ።
፴፮ እስመ ይቤ ስማዕ ሰማይ ወአጽምኢ ምድር እስመ እግዚአብሔር ነበበ ወካዕበ ይቤ ስምዑ አንቅዕተ ቀላይ ወመሠረተ ምድር ኮኑኔሁ ለእግዚ አብሔር ምስለ ሕዝቡ ። ኢሳ ፩፡፪።	36 እግዚአብሔር ክዛረብ ከሎ፡ "ሰማይ ስማዕ፡ ምድሪ ውን ጽን በሊ" ስለዝበለ፡ ከምኡ ውን "ኣቱም ምንጪ ሩባታትን መሠረት ምድርን ነቲ እግዚአብሔር ኣብ ሕዝቡ ዝፈርዶ ፍርዲ ስምዑ፡" በለ። ኢሳ 1፡2።
፴፯ ወባሕቱ እመሰ ሙሴ ገብር ሱታፌሆሙ ለአግብርት ውእቱ ወመጋቢ ላዕሌሆሙ ወእግዚእነሰ ክርስቶስ በእንተ ዘኮነ ወልደ ለሊሁ ይጽሕቅ ለአግብርተ አቡሁ ወለእመሂ ኮኑ ዘአቡሁ ዓዲ ዘዚአሁ እሙንቱ ።	37 ነገር ግን ሙሴ ግዙእ ካብ ኾነ፡ ተሓባባሪ ናይቶም ግዙኣትን ኣብ ልዕሊኦም ዝተሾመን እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ናይ ባህርይ ወልድ ስለዝኾነ ነቶም ግዙኣት ኣቦኡ ንከድጎን ንሱ ይፈቱ። ግዙኣት ኣቦኡ እኳ እንተኾኑ ናቱ ግዙኣት ውን እዮም።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፫ ፡ ም. ፷፬

፴፯ ወበእንተዝ ወሰከ ነገረ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ከመ ወልድ ላዕለ ኵሉ ቤቱ ወንሕነ እሙንቱ ቤቱ ርኢክሙ ዘከመ ይከሥቶ ለቤት ከመ ሕዝብ እሙንቱ ዘውእቶሙ ንሕነ።

፴፰ ወእምዝ ይቤ ለእመ ዐቀብነ ሃይማኖተ ዚአሁ ወትምክሕተ ተስፋነ ጽኑዕ ለዝላፉ ንከውን ቤቶ ለእግዚ አብሔር ይብል ለእመ ጸናዕነ በገድል ወዐቀብነ ሃይማኖተ ወትምክሕተ ተስፋነ ዘውእቱ ገቢረ ምግባረ ሠናይ በእንተ ተስፋ ዘይከውን ይብል ከመ ጽኑዕ ውእቱ ለዝላፉ ከመ እሙንቱ ይጽንዑ ለዝሉፉ ። ዕብ ፫፡፮ ።

፴፱ ወለእለሰ ኢይጸንዑ በሃይማኖት ርትዕት እንዘ ይገብሩ ምግባረ ሠናይ ባሕቲቶ ከንቱ እሙንቱ ወእለሰ የዐቅቡ ሃይማኖተ ርትዕተ ዘእንበለ ምግባር ወይትአመኑ በትምክሕተ ተስፋ ዘጽኑዕ ለዝላፉ ይጌይሱ እምእልክቱ ።

፵ ወባሕቱ ዘየጎፍር ወየጎብእ ኢይከውን ክሡተ ወዘሰ የጎድግ ሃይማኖተ ወይወድቅ ውስተ እከይ ወያበጥል ምግባረ ሠናይ ወይሔሊ ዘውስተዝ ዓለም ኢይትሜካሕ በተስፋ ዘይከውን እስመ ነገረ ተስፋ ዘይከውን ድኅረ ጽኑዕ ውእቱ ከመ ያሥምር እለ ይሰምዑ እስመ ሀለዎ ይኩን ፍዳ እመኒ ሠናይ አው እኩይ። ዮሐ ፭፡፳፱-፴።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፷፬

፩ ወበእንተዝ አብጽሐ ስምዐ እምነ ነቢይ ወይቤ እስመ ይቤ መንፈስ ቅዱስ ዮም አመ ሰማዕክሙ ቃሌ ኢታጽንዑ ልበክሙ ከመ አመ አምረርዎ በገዳም ወከመ አመ አመከርዎ ዘአመከሩኒ አበዊክሙ ፈተኑኒ ወርእዩ ምግባርየ ፵ ዓመተ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 63 ፡ ም. 64

38 ስለዚ ድማ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ወዱ ብምኻኑ ኣብ ኵሉ ቤቱ ኃዲሩ ይነብር። ቤቱ ዝተበሃልና ኸኣ ንሕና ኢና፡ ብምባል ኣረዲኡ ተዛረበ። ቤት ዝተባህሉ ሕዝቢ ምኻኖም ከምዘረድኣ ፈሊጥካዶ፡ ሕዝቢ ዝተበሃልና ውን ንሕና ኢና።

39 ብድጎር'ዚ፡ “ነቲ ብእኡ ምእማንን ነቲ ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነብር ትምክሕቲ ተስፋናን ኣጽኒዕና እንተኃዝና፡ መጎደሪ እግዚኣብሔር ኸኸውን” በለ። ብገድሊ እንተ ጸናዕና፡ ሃይማኖትናን ትምክሕቲ ተስፋናን ማለት ቤቲ ዝፍጸም ተስፋ ኣሚንና ሠናይ ተግባር ኣጽኒዕና እንተኃዝና፡ ዘሎ ተስፋ ንዘለዓለም ጸኒዑ ከም ዝነብር ንሳቶምውን ንዘለዓለም ብሃይማኖት ጸኒያም ከምዝነብሩ የመልክት። ዕብ 3፡7።

40 እቶም ብቅንዕቲ ሃይማኖት ዘይጸንዑ ሠናይ ተግባር ጥራይ እናሠርሑ ዝነብሩ ከንቱ እዮም። ካብዚኣምሲ እቶም ሠናይ ግብሪ ዘይብሎም ቅንዕቲ ሃይማኖት ኣጽኒያም ዝኃዙ፡ ንዘለዓለም ጸኒዑ ብዝነብር ተስፋ ዝኣመኑ ይጎሹ።

41 ግና እቲ ኃፊሩ ንሃይማኖቱ ገሊጹ ዘይዛረብ፡ ብኽብሪ ኣይክግለጽን እዩ። ሃይማኖቱ ዝኽሕድ፡ ኣብ ክሕደት ዝወድቕ፡ ሠናይ ዘይገብር፡ ብናይዚ ዓለም'ዚ ሥራሕ ዝሓሰብ በቲ ደኃር ዝርከብ ተስፋ ኣይሕከሙሰን እዩ። ዘይተርፍ እዩ'ሞ ሠናይ እንተገበሩ፡ ክፉእ እንተ ሠርሑ ዓስቢ ሥራሕካ ምርካብ ኣሎ። ዮሓ 5፡29-30።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 64

1 ስለዚ ድማ ካብ ነቢይ ምስክር ኣምጺኡ ተዛረበ። መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡- 'ሎሚ ቃሉ እንተ ሰማዕኩም ከምቲ ኣብ ምድረ በዳ ዘጎዘንዎን ዝተፈታተንዎን ልብኹም ኣይተትርሩ። ኣቦታትኩም ፈተኑኒ እሞ ግብረይ ድማ ርኣዩ። ነዛ ወለዶ እዚኣ ን40 ዓመት ተቈጣዕክዋ፡

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፬	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 64
ተቈጣዕክዋ ለይእቲ ትውልድ ወእቤ ዘልፈ ይስሕት ልቦሙ እሙንቱሰ ኢያእመሩ ፍናውየ በከመ መሐልኩ በመዓትየ ከመ ኢይበውኡ ውስተ ዕረፍትየ። መዝ ፺፭(፺፬)፡፯-፲፩። ዕብ ፫፡፯-፲፬።	ኮል ሳዕ ብልቦም ይስሕቱ፡ መንገደይ ግና ኣይፈለጥዎን፡ በልኩ። ብነድሪ ድማ ናብቲ ዕረፍተይ ኣይክኣትዉን እዮም ኢለ ፈረደ ከም ዝመሓልኩሎም ንሥራሐይ ኣይፈለጥዎን' በለ። መዝ 95(94)፡7-11። ዕብ 3፡7-14።
፪ ውእቱ ያዜክር ፪ተ ዕረፍተ ፭ዱ እምኔሆሙ ምድረ ርስት ዘብሉይ እለ ቦእዋ እልክቱ ወአዕረፉ ውስቴታ ጎዳጠ እምፃማሆሙ ወእምኃሣሮሙ ወዕረፍትሰ ዳግሚት ትእምርት ይእቲ ለመንግሥተ ሰማያት ወእለሂ ይረክብዋ የዕርፉ ለዓለመ ዓለም እምፃማሆሙ ወእምሕማሞሙ በዝ ዓለም ። ዘፍ ፪፡፪።ዘዳግ ፴፭፡፯። ራእ ዮሐ ፲፬፡፲፫።	2 ንሱ "ንክልተ ዕረፍቲ" እዩ ዘመልክት። ካብ ክልተኡ እታ ሓንቲ፡ ንሳቶም ዝኣተውዋን ካብ መከራኦም ውርደቶም ቁሩብ ዘዕረፉላን ብብሉይ ዝተገብረት ምድረ ርስቲ እያ። ካልኣይቲ ዕረፍተ ሰንበት ግና መንግሥተ ሰማያት ተመልክት እያ። እቶም ዝወርስዋ ድማ ካብዚ ናይ ዓለም ድኻምን መከራን ንዘለዓለም ዘዕርፉላ እያ። ዘፍጥ 2፡2። ዘዳግ 31፡7። ራእ ዮሓ 14፡13።
፫ ወለምንትኑ ይነግሮሙ በእንተ ፭ዱ ተስፋ ዘውስተ ሰማይ እንዘ ያዜክር ካዕበ ዘውስተ ምድር ከመ በትርጓሜ ዝንቱ ይትዐወቅ ዘውስተ ሰማያት ወይትከሠት ነገሩ ሠናየ።	3 ዕረፍቲ ፍልስጥኤም እናዘኻኸረ፡ ብዛዕባ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዘሎ ሓደ ተስፋ ስለምንታይ ይነግሮም፡ በዚ ትርጓሜ እዚ ውን ዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት ኝክፍለጥ፡ ነገሩ ውን ሓቂ ከምዝኾነ ኝክግለጽ እዩ።
፬ መፍትው ይደልወነ ንሕትት ይእተ ፍኖተ እስመ እልክቱ ወፅኡ እምነ ግብጽ ወእምነ ባሕረ ኤርትራ ጎበ ገዳም ወፈነዉ ሰብአ ዓይን ይርአይዋ ለእንታክቲ ምድረ ርስት ዘሀለዎሙ ይባኡ ውስቴታ።	4 ነታ መገዲ'ቲኣ ክንምርምር ይግብኣና እዩ። ንሳቶም ካብ ግብጺ ወጺኦም፡ ባሕሪ ኤርትራ ተሳጊሮም ናብ ምድረ በዳ ኸዱ። ነታ ኺኣትዉዋ ዘለዎም ምድረ ርስቲ ዝስልይዋ ሰለይቲ ሰደዱ ።
፭ ወሐዊሮሙ ተመይጡ ወተመክሑ በይእቲ ሀገር ከመ ምልእት ይእቲ ኮሎ ሠናያተ ወባሕቱ ይቤሉ ምልእት ይእቲ ሰብአ ጽኑዐነ እለ ኢይትመውዑ ወንሕነሰ በቅድሜሆሙ ከመ አናብጥ። ዘኍ ፲፫፡፫-፴፫።	5 በጺሖም ምስ ተመልሱ፡ ኣዝርእትን ኣት ክልትን ዝመልኣት ከምዝኾነት በታ ሃገር ተመኪሖም ተዛረቡ። "ግና ብዘይሰዓሩ ኃያላን ሰባት ዝመልኣት እያ። ንሕና ኣብ ቅድሚኦም ከም ኣንበጣ ኮንና" በሉ። ዘኍል 13፡3-33።
፮ ወእምደለዎሙ ለእሉ ግዙፋነ ክሣድ ወክቡዳነ አልባብ ይዘክሩ ሠናያተ ቀዳሚ ዘገብረ ሎሙ እግዚአብሔር ወእፎ አጎየሎሙ ማዕከለ ሠራዊት ብዙኃን በግብጽ ወዐቀቦሙ እም ኃሣሮሙ ወወህቦሙ በርበረ እልክቱ ግብጻውያን።	6 እዞም ልቦናኦም ዘትረሩን ክሳዶም ዘንቀጹን እስራኤል፡- ነቲ እግዚኣብሔር ኣቐዲሙ ዝገበረሎም ተኣምራት፡ ኣብ ግብጽን ኣብ ማእከል ብዙኅ ሠራዊትን ከለዉ ከመይ ጌሩ ከምዘበርትዖም፡ ካብ መከራ ከመይ ጌሩ ከምዝሓለዎም፡ ገንዘብ ግብጻውያን ውን ከመይ ጌሩ ከምዝሃቦም ክዝክሩ ይግብኣም ነይሩ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፬	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 64
፯ ወበገዳምሂ ዓዲ አንቅዐ ኰኵሐ ወወሀቦሙ ማየ ዘበዕረፍት ወአዝነመ ሎሙ መና እምሰማይ ወዘተርፈ መንክራት ዘአልቦ ጎልቀኑ ዘገብረ ሎሙ ዘንተ ኵሎ ኢተዘከሩ ወኢአምኑ በዘገብረ ዘንተ ዐበይተ ኃይላተ ምስሌሆሙ ዘለሊሁ ይክል ዳግመ ያብአሙ ውስተ ምድረ ዕረፍት። ዘፀአ ፲፯፡፲፫። ፲፯፡፮። መዝ ፸፰(፸፯)፡፲፬-፳፬። ፩ቆሮ ፲፡፫-፭።	7 ከምኡ ውን ኣብ በረኻ ካብ ከውሒ ማይ ኣፈልፈለሎም። ኣብ ዕረፍቲ ዝሰትይዎ ማይ ሃቦም። ካብ ሰማይ ውን መና ኣውረደሎም። ዝተረፈ ካልእ ስፍሪ ቀጽሪ ዘይብሉ ተኣምራት ገበረሎም። ነዚ ኵሉ ኣይዘከርዎን። ነዚ ዓበይቲ ተኣምራት ዝገበረሎም ንሱ ዳግማይ ናብ ስፍራ ዕረፍቲ ኽእትዎም ከምዝኽእል ኣይኣመኑን። ዘፀ. 16፡13።17፡6። መዝ 78(77)፡14-24። 1ይ ቆሮ 10፡3-5።
፰ ኢኮነ እምኔሆሙ ምንትኒ እምዝንቱ ግሙራ አላ አብዱ ወይቤሉ ንትመየጥ ውስተ ምድረ ግብጽ እስመ እግዚአብሔር አውፅአነ እምህየ ከመ የቅትለነ ለነ ወለደቂቅነ ወለአንስትያነ ። ዘጎ ፲፬፡፩-፭። ፩ቆሮ ፲፡፲።	8 ካብዚ ዝተላዕለ፡ ካብኣቶም ፈጺሙ ሓደ እኳ ኣይተረኽበን። እኳ ደኣ ዓያሹ ከይኖም “ንኣና ምስ ደቅናን ኣንስትናን ኽሸጥፍኣና እዩ እግዚኣብሔር ካብ ግብጺ ዘውጽኣና እሞ ናብ ግብጺ ንመለስ” በሉ ። ዘጎል 14፡1-5። 1ይ ቆሮ 10፡10።
፱ ወተምዐ እግዚአብሔር ላዕሌሆሙ ሶበ ክሕዱ ከመዝ ፍጡነ ኃይላተ ዘገብረ ምስሌሆሙ ወመሐለ ከመ እልክቱ ትውልድ ኢይበውኡ ውስተ ዕረፍቱ ወከመዝ አጥፍኦሙ ለኵሎሙ በገዳም። ዘጎ ፲፬፡፳-፴፭።	9 ነቲ ዝገበረሎም ተኣምራት ከምዚ ኢሎም ቀልጢፎም ምስ ከሓዱ፡ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊኦም ተቒጥዐ። እቶም ዝኸሓድዎ ትውልዲ ናብቲ ዕረፍቲ ንከይኣትዉ መሐለ። ንኵሎም ውን ብከምዚ ኣብ በረኻ ኣትረፎም። ዘጎል 14፡20-45።
፲ ወብፁዕሂ ዳዊት ያዜክረነ ዘንተ በምሳሌ ከመ ኢናስትት ዘንተ ዕረፍተ እንተ በሰማያት በተቃውሞ ሠናያት ወይቤ ዮም አመ ሰማዕክሙ ቃሎ ኢታጽንዑ ልበክሙ ከመ ኢይርከብክሙ ዘከመ ዘረከቦሙ ለእልክቱ ወጎጥኡ መካነ ዕረፍት እንተ ቦእዋ ካልአን። መዝ ፺፭(፺፬)፡፯-፲፩። ፩ቆሮ ፲፡፲፩።	10 ብፁዕ ዳዊት ውን ነዚ ብምሳሌ የረድኣና። ነቲ ጽቡቕ ነገር ተቓዊምና ንዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት ከይንንዕቕ፡ “ከምቶም ነታ ካልኦት ዝወረስዋ ምድሪ ርስቲ ዝሰኣኑ ንእኣም ዝረኸበ ከይረኽበኩም ሎሚ ቃሉ ምስ ሰማዕኩም ልብኹም ኣይተትርሩ፡” በለ። መዝ 95 (94)፡7-11። 1ይ ቆሮ 10-11።
፲፩ ወባሕቱ ለመካነ ዕረፍት እንተ እግዚአብሔር ዘሀሎ ውስተ ሰማያት ኮነት አምሳለ ዕረፍት እንተ ዘውስተ ምድር ወበእንተ ዝንቱ ጸሐፈ ሐዋርያ ዘንተ ስምዐ ኮነ ወካዕበ አብጽሐ ስምዐ ወይቤ ዑቁ እንከ አኃዊነ ኢይትረከብ በላዕለ ፩ዱ እምኔክሙ ልብ እኩይ ወንፉቅ እምሃይማኖት ዘያርኀቀክሙ እምእግዚአብሔር ሕያው። ዕብ ፫፡፲፪።	11 ግና እታ ኣብ ምድሪ ዘላ ዕረፍቲ ፍልስጥኤም፡ ምሳሌ ናይታ ኣብ ሰማይ ዘሎ እግዚኣብሔር ዘውርሳ መንግሥተ ሰማያት እያ። ምእንቲ'ዚ ውን ሓዋርያ ነዚ ምስክር'ዚ ጸሓፈ። ደጊሙ ድማ “እምበኣር ኣኀዋትና ካቦኻትኩም ሓደ እኳ ኻብቲ ሕያው ዝኾነ እግዚኣብሔር ዜርሕቕ ብሃይማኖት ዝጠራጠር እኩይ ልቢ ከይህልዎ ተጠንቀቑ።” ብምባል ይምስክር። ዕብ 3፡12።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፬	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 64
፲፪ እስመ እምጽንዐተ ልብ ይከውን ተቃርኖተ ሃይማኖት ወበከመ ሥጋ ዘየአኪ ደዌሁ ኢይትዌከፍ ፈውስ ከማሁ ነፍስሂ እንተ ኢትፈርሀ ለእግዚአብሔር ኢትጥዕሞ ግሙራ ለቃለ እግዚኣብሔር በእንተ ጽንዓተ ልባ ይቤ ዘንተ ከመ ኢንኩን እስመ ይቤሉ ኢምእመናን።	12 ከመይ ካብ ትሪ ልቢ ዝተላዕለ ምኽሓድ ሃይማኖት ይመጽእ። ሕማሙ ዝበርትዐ ሥጋ ንፈውሲ ከምዘይቅበል፣ ከምኡ ንእግዚኣብሔር ዘይትፈርህ ነፍሲ ውን በቲ ክፍኣት ልባ ንቓል እግዚኣብሔር ፈጺማ ኣይተቐበልን እያ። ነዚ ዝበለ ከምቲ እቶም ዘይኣምኑ ሰባት ዝብልዎ ንከይንሽውን እዩ።
፲፫ እስመ ደቂቀ እስራኤል በእንተ ኢአሚኖቶሙ በቃለ እግዚአብሔር ረከቦሙ ዝንቱ ኮሉ ሕማም ከመዝ እፎመ ኢይረክበነ ፈድፋደ እምኔሆሙ እመ ኢአመነ በቃለ እግዚአብሔር ገበርነ ትእዛዛቲሁ ወእፎ ንበውእ ውስተ ዕረፍት ዘበሰማያት።	13 ደቂ እስራኤል ብቃል እግዚኣብሔር ብዘይምእማኖም እዚ ኮሉ መከራ ከምዚ ካብ ረኸቦም ደኣ፣ ንነገረ እግዚኣብሔር እንተ ዘይኣሚንናን ሕጉ እንተ ዘይፈጺምናን ከመይ ካብ ናቶም ዝገድድ መከራ ኣይረኸበናን፧ ከመይ ኢልናኸ ናብ ዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት ክንኣቱ፧
፲፬ ይቤ ወናሁ ወጻእነ እምነ ሕማም ወበእንተ ዝንቱ ገሥፁ ቢጸክሙ ኮሎ አሚረ እስመ ይብል ዮም ዘውእቱ ሕንፀ ወአጽንዑ ቢጸክሙ ከመ ኢትጎጥኡ ዕረፍተ ዘበሰማያት።	14 “እንሆ ካብ መከራ ድኒንና ኣሎና። በዚ ነገር'ዚ ኮሉ ሳዕ ንኣጎዋትኩም ምኽሩን መሃሩን፡” በለ። እዚ ኸኣ “ሎሚ” ይብል እዩ እሞ ኣብ ሰማይ ዝርከብ ዕረፍቲ ምእንቲ ከይትስእኑ ንኣጎዋትኩም ብሃይማኖት ኣጽንዑ ማለቱ እዩ።
፲፭ ይቤ ኢይጽናዕ መኑሂ እምኔክሙ በስሕተተ ኃጢኣት እንተ ትወልድ ክሒደ እስመ ነፍስ ሶበ ወድቀት ውስተ ኃጢኣት ታሰትት ሃይማኖተ ወእመሂ አስተተት ኮነት ኢአማኒተ በቃለ እግዚአብሔር ከመ ዘይብል አልቦ ምንትኒ ግሙራ ። ዕብ ፫፡፲፫።	15 ሓደ እኳ ዝኾነ ካቦኻትኩም በታ ክሕደት እተስዕብን፣ ኃጢኣት እተምጽእን ስሕተት ጸኒዑ ኣይንበር። ከመይ ሰብነት ኣብ ኃጢኣት ምስ ወደቐት ንሃይማኖት እያ ትነቅፍ፣ ንሃይማኖት ምስ ነቐፈት ድማ ብቃል እግዚኣብሔር ዘይትኣምን ትኸውን። “ፈጺሙ ሓደ እኳ የልቦን” ከም ዝብል ሰብ እዩ። ዕብ 3፡13።
፲፮ ይቤ ኢይሬኢ እግዚአብሔር ወኢየአምር አምላከ ያዕቆብ ወዓዲ ይቤ ወከናፍሪነኒ ጎቤነ እሙንቱ ወመኑ ውእቱ እግዚእነ። መዝ ፻፱(፻፰)፡፭። ፶፬(፶፫)፡፯።	16 “እግዚኣብሔር ኣይርእይን፣ ናይ ያዕቆብ ፈጣሪ ውን ኣይፈልጥን እዩ” ይብል። ከምኡ ውን “ከናፍርና ናትና እየን ጐይታናስ መን እዩ፡” በለ። መዝ 12(11)፡4። 94(93)፡7 ።
፲፯ ወካዕበ ይቤ ይብል ዓብድ በልቡ አልቦ እግዚአብሔር ኃሥሩ ወረከሱ በምግባሪሆሙ አልቦ ዘይገብራ ለሠናይት አልቦ ወኢ፩ዱ ።	17 ደጊሙ ውን “ዓሻስ ብልቡ እግዚኣብሔር የልቦን” ይብል። ብግብሮም ረኺሶም ሓደ እኳ ጽቡቕ ዝገብር የልቦን።
፲፰ ከመ መቃብር ክሡት ጕሮዲቶሙ ወጸልሐዉ በልሳናቲሆሙ ጎምዘ አርዌ	18 ጕረርኦም ከምዝተኸፍተ መቓብር እዩ፣ ብመልሓሶም ይጥብሩ፣ ኣብ ትሕቲ ከናፍሮም ኣብ ልቦም ሕንዚ ተመን

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፬	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 64
ምድር ታሕተ ከናፍሪሆሙ መሪር አፉሆሙ ወምሉእ መርገመ።	ኣሎ፡ ልሳኖም መሪርን መርገም ዝመልአን እዩ።
፲፱ በሊሕ እገሪሆሙ ለክሚወ ደም ኃሣር ወቅጥቃጤ ውስተ ፍኖቶሙ ወኢይ አምርዋ ለፍኖተ ሰላም ወአልቦ ፍርሃተ እግዚአብሔር ቅድመ አዕ ይንቲሆሙ ። መዝ ፲፬(፲፫)፡፩-፬።	19 ደም ሰብ ንምክዓው ኣእጋሮም ቅልጡፍ እዩ። ኣብ መንገዶም ኃሣረ መከራ ኣሎ፡ መንገዲ ፍቕሪ ኣይፈልጥዋን እዮም። ኣብ ልቦም ፍርሃት እግዚኣብሔር የልቦን። መዝ 14(13)፡1-4።
፳ ርኢከኑ ከመ ኃጢአት ትሬስዮ ለሰብእ ጽኑዐ ልብ እንበለ ሃይማኖት ወዘእንበለ ፍርሃት ወዘእንበለ ሰላም እስከ ይብል አልቦ እግዚአብሔር ።	20 ኃጢኣት፡- ንሰብ ክሳዕ እግዚኣብሔር የልቦን ዝብል፡ ንእግዚኣብሔር ዘይፈርህ ፍቕርን ሃይማኖትን ዘይብሉ ተሪር ልቢ ከምዝገብሮ ፈሊጥካ ዶ፡
፳፩ ንሕነሰ ንትዐቀብ እምዝንቱ ኵሉ ወእምዓሊወ ሕግ ወናጥሪ እንከ ሃይማኖተ ዓባየ ዘእግዚአብሔር ወንሢም ፍርሃተ እግዚአብሔር ቅድመ አዕይንቲነ በኵሉ ጊዜ ወናርኃቅ እምኔነ ኵሎ እከየ ወስሕተተ ዘሰይጣን።	21 ንሕና ግና ካብዚ ኵሉ ምፍራስ ሕጊ ንተሓሎ። ብእግዚኣብሔር እንኣምና ፍጽምቲ ሃይማኖት ነጥሪ። ኵሉ ሳዕ ውን ኣብ ልብና ፍርሃት እግዚኣብሔር ነጎድር። ነቲ ሰይጣን ዘምጽኦ ኵሉ ስሕተትን እኩይ ሥራሕን ካባና ነርሕቕ።
፳፪ ወንትዐቀብ እምኵሉ ርኵስ ንሕነ እለ ረከብነ ክብረ መጠነዝ ዘይበዝኅ ፈድፋደ እምነ ቀደምት ከመ ኢንርከብ ኵነኔ ዐቢየ ወመሪር ጥቀ።	22 ካብቶም ቀዳሞት ሰባት ዝያዳ ዝበልጽ ክንድዚ ዝኣክል ክብሪ ዝረኸብና ንሕና፡ ፈጺሙ ዘጎዝን ጽኑዕ ፍዳ ምእንቲ ከይረኽበና ካብ ኵሉ ዘይግባእ ሥራሕ ንተሓሎ።
፳፫ ወካዕበ ወሰከ ሐዋርያ ዘነገረ ከመ ያፍርሃነ ይቤ ክርስቶስሃ ተሳተፍነ ይብል ኮነ ፭ደ ምስሌሁ ሶበ ኮነ ሱቱፋነ ርስቱ ወሥጋሁ ወስብሐቲሁ።	23 ደጊሙ ውን ሓዋርያ፡ ፍርሃት እግዚኣብሔር ንክኃድረና ነዚ ነገር'ዚ ወሲኹ ተዛረበ፡- ምስ ክርስቶስ ሓደ ኮንና ኢሉ፡ “ነቲ ርስቱ መንግሥተ ሰማያት እንተ ወረስና፡ ሥጋኡን ደሙን እንተ ተቐበልናን ክብሩ እንተ ወረስናን ምስኡ ሓደ ኮንና” በለ።
፳፬ ይቤ ለእመ አዝለፍነ ዓቂበ ዘቀዲሙ ሥርዓተነ እስመ ዘቀዳሚ ሥርዓት ውእቱ ሃይማኖት እንተ ባቲ ተመይጠ ለነ ዝኩ ሥርዓት ዘቀዳሚ ኮነ ሥጋሁ ለክርስቶስ በካልእ አምሳል።	24 “ነቲ ዝቐደመ ሥርዓትና ኣጽኒዕና እንተ ሓለና” በለ። “ዝቐደመ ሥርዓት” ዝበሎ ዝቐደመ ውልድነት እታ ዝተመልሰትልና ሃይማኖት እያ። “ብፍሉይ ምሥጢር ኣካል ክርስቶስ ኮይንና ኢና” በለ።
፳፭ ወእምዝ ይቤ ሐዋርያ ዮም አመ ሰማዕክሙ ቃሎ ኢታጽንዑ ልበክሙ ዘከመ አመ መዓት ይፈቅድ ንኩን ስንዕዋነ ምስለ ኵሎሙ እለ ድልዋነ ለሰሚዓ ቃለ እግዚአብሔር ወትረ በኵሉ ዕለት ወብሂሎቱ ዮም ኢኮነ	25 ብድጎር'ዚ እቲ ሓዋርያ፡- ሎሚ ቃሉ እንተ ሰማዕኩም ከምቲ ዘጎዘንዎ ልብኹም ኣይተትርሩ፡ በለ። ኵሉ ሳዕ በብዕለቱ ምስ ኵሎም እቶም ቃለ እግዚኣብሔር ንምስማዕ ዝበቐዑ ሰባት ሓደ ክንከውን ይፈቱ። ሎሚ ማለቱ ውን ሓደ መዓልቲ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፬ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 64 ም. 65
፭ደ ዕለተ አላ ኮሎ አሚረ እስከ ለዝላፉ ከመ ኢይረድ ላዕሌነ መዓት።	ጥራይ ኣይኮነን፣ ኮሉ ሳዕ ክሳዕ ፍጻመ ዘመን ማለቱ እዩ እምበር። እዚ ድማ ምእንቲ ከይፍረደና እዩ።
፷፮ ወኢንግበር ከመ እልክቱ እለ ጎልቁ በገዳም በእንተ ጽንዓተ አልባቢሆሙ ወበእንተ ዝንቱ ወሰከ ፈድፋደ ዲበ ነገር ወይቤ እለ መኑ እሙንቱ እለ ሰምዑ ወአምረርዎ አኮኑ ኮሎሙ እለ ወፅኡ እምግብጽ በእደ ሙሴ ። መዝ ፸፯(፸፮)፡፶ ።	26 ከም ናይቶም ብሰንኪ ትሪ ልቦም ኣብ በረኻ ዝተወድኡ ዝበለ ግብሪ ኣይንግበር። በዚ ነገር'ዚ ወሲኹ ከምዚ በለ፡- እቶም ሰሚየም ዘምረርዎ እንመን እዮም፡ ኮሎም እቶም ሙሴ መሪሑ ካብ ግብጺ ዝወጽኦምዶ ኣይኮኑን፡ መዝ 77(76)፡20።	
፷፯ ንሕነሰ ነአምር ከመ እሙንቱሂ አእመሩ ከመ ውእቱ መሰለ ላዕሌሆሙ ዘንተ ምሳሌ እንዘ ይሴአሎሙ ወይቤሎሙ ለመኑ ተቈጥየሙ ፵ ዓመተ አኮኑ ለእልክቱ እለ አበሱ ወወደቀ አብድንቲሆሙ ውስተ ገዳም ወላዕለ መኑ መሐለ ከመ ኢይበውኡ ውስተ ዕረፍቱ ዘእንበለ ለዐላውያን እለ ሰምዑ ወኢክሉ በዊአ እስመ ኢአምኑ።	27 ዝሓቶም መሲሉ ነዚ ምሳሌ'ዚ ከም ዝመሰለሎም እሞ ንሳቶም ከምዘይፈለጡ ንሕና ንፈልጥ ኢና። ነርብዓ ዓመት ዝተቈጥየም ንእንመን እዩ፡ ነቶም ዝበደሉ እሞ ሬሳኦም ኣብ በረኻ ወዲቹ ዝተረፈዶ ኣይኮነን፡ ንእንመን እዩ ናብ ዕረፍቱ ምድረ ርስቲ ንቪይኣተዉ ዝመሓለ፡ ነቶም ሰሚየም ክኣትዉ ዘይከኣሉ ገበነኛታት ዶ ኣይኮነን፡ እዚ ኸኣ ብሰሪ ዘይምእማኖም እዩ፡ በለ።
፷፰ ነጽር እስመ አጽንየ ልብ ይወልድ ኃጢአተ ኃጢአትሂ ትወልድ ዕልወተ ከመ ኢይስምዑ ቃለ እግዚአብሔር ወዕልወትሂ ይወልድ ክሒደ ወክሒድሂ ያነሥእ መዓተ እግዚአብሔር ላዕለ ሰብእ ወይደመስስ ዝክሮሙ እምውስተ ዓለም ለግሙራ ።	28 ትሪ ልቢ ኃጢኣት ከምዝወልድ፡ ኃጢኣት ድማ ቃል እግዚኣብሔር ንከይሰምዑ እምቢታ ከምትወልድ፡ እምቢታ ውን ክሕደት ከምትወልድ፡ ክሕደት ድማ ኣብ ልዕሊ ሰባት ፍርዲ እግዚኣብሔር ከምዘምጽእን ዝኽሪ ስሞም ካብዚ ዓለምዝ ፈጺሙ ከም ዘጥፍእን ፍለጥ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፷፭	**ምዕራፍ 65**
፩ ወካዕበ ጸሐፈ ዘንተ ስምዐ መፍርህ ወአብአ ነገረ ትምህርት ከመ ያንቅሕ ሰማዕያነ ከመ ኢይደቁ ውስተ ዝንቱ ምግባር ከመዝ ይቤ ንፍራህ እንከ ወኢንጎድግ ትእዛዘ ከመ ንባእ ውስተ ዕረፍቱ።	1 ደጊሙ ውን ነዚ ዘፍርህ ምስክር ጸሓፈ። ናብ ከምዚ ዝበለ ክሕደት ከይወድቁ ነቶም ዝሰምዑ ሰባት ንከነቓቕሕ እዚ ትምህርት'ዚ መሃረ። ናብ ዕረፍቱ መንግሥተ ሰማያት ንምእታው ንፍራህን ትእዛዙ ኣይንጎደግን፡ በለ።
፪ ወኢይምሰሎ ለፅዱሂ እምኔክሙ ዘየጎድግዎ እስመ ስሙዓን ንሕነ ከማሆሙ ለእልክቱ ።	2 ሓደ'ኳ ካብኻትኩም “ዝገድፍዎ” ኣይምሰሎ፡ ከመይ ከምቲ ንሳቶም ዝሰምዑ ንሕና ውን ሰሚዕና ኢና።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
፫ ወባሕቱ ለእልክቱሰ ኢበቍየም ቃል ዘሰምዑ እስመ ኢኮኑ ቱሱሐነ በሃይማኖት ምስለ እለ ሰምዑ ወዘሰ ይብል ከመዝ ውእቱ እልክቱሰ ሰምዑ ቃለ እግዚአብሔር ወባሕቱ ኢኮነ ሎሙ ረባሐ በእንተ ዘኢኮኑ ቱሱሐነ በሃይማኖት።	3 ‘ግና እቲ ዝሰምዕዎ ቃል ምስቶም ሰማዕቱ ብሃይማኖት ስለዘይሓበረ ኣይጠቕሞምን ዝበለ’ ከምዚ እዩ። ንሳቶም ቃለ እግዚኣብሔር ሰምዑ ግና ብሃይማኖት ሓደ ስለዘይኮኑ ኣይረብሖምን ኣይጠቕሞምን።
፬ ወአንትሙሂ ዓዲ ኢትጽሐቁ ትስምዑ ቃለ እግዚአብሔር ከመ ይኩንክሙ ረባሐ እንበለ ቱሳሔ ልብ በሃይማኖት ወዳእሙ ንዕቀብ ቃለ እግዚአብሔር በሃይማኖት ርትዕት ወበተስፋ ጽኑዕ ከመ ንፃእ እመዓተ እግዚአብሔር ወንርከብ ሣህሎ ዘለዓለም።	4 ንሸኻትኩም ውን ልብኹም ብሃይማኖት ሓደ እንተዘይኮይኑ፡ ምስማዕ ጥራይ ይጠቕመና እዩ ኢልኩም ቃለ እግዚኣብሔር ንክትሰምዑ ኣይትፍተዉ። ካብ ፍርዲ እግዚኣብሔር ድኒንና ነታ ዘይትኃልፍ ክብሩ ንኽንረክብ፡ በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትን ብጽኑዕ ተስፋን ደኣ ቃል እግዚኣብሔር ንሓሉ።
፭ ወካዕበ ወሰከ ዲበ ዝንቱ ነገር ወይቤ ንበውእ እንከሰ ውስተ ዕረፍቱ እለ አመነ እስመ ኮሉ ዘየአምን የአምር ከመ ኮሉ ዘይትናገር በእንተ መንግሥተ ሰማያት።	5 ደጊሙ ኣብ ልዕልዚ ነገርዚ ወሲኹ ውን ‘ንሕና እዞም እንኣምን ናብቲ ዕረፍቱ ክንኣቱ ኢና፡’ በለ። ከመይ እቲ ኮሉ ንሱ ዝተዛረቦ ብዛዕባ መንግሥተ ሰማያት ከምዝኾነ ኮሉ ዝኣምን ይፈልጥ እዩ።
፮ ወባሕቱ እምኀበ ዘይትዐወቅ ግብር ናሁ አጠየቀነ ዘይመጽእ እምድኅረዝ ወይቤ በከመ ተብህለ ኢያእመሩ ፍናውየ በከመ መሐልኩ በመዓትየ ክመ ኢይበውዑ ውስተ ዕረፍትየ።	6 ግና ካብቲ ፍሉጥ ሥራሕ ነቲ ደኃር ዝመጽእ ዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት እንሆ ኣረድኣና። ናብ ዕረፍተይ ኣይክኣትዉን እዮም ኢለ ፈሪደ ከምዝመሓልኩ ንሥራሐይ ኣይፈለጡን ከምዝተባህለ፡ ክብል ተዛረበ።
፯ ወባሕቱ በእንተ ምግባሩ ዘእምፍጥረተ ዓለም ዘኮነ ይቤ ከመዝ በእንተ ሰንበት ወአዕረፈ እግዚአብሔር በዕለተ ሰንበት እምኮሉ ግብሩ ወካዕበ ይቤ ኢይበውኡ ውስተ ዕረፍትየ ። ዘፍ ፪፡፪። መዝ ፺፭(፺፬)፡፲፩ ።	7 ግና ካብ ምፍጣር ዓለም ጀሚሩ ብዛዕባ ዝተገብረ ሥራሕ እግዚኣብሔር ከምዚ በለ፡- ‘ብዛዕባ ሰንበት፡ እግዚኣብሔር ካብ ኮሉ ግብሩ ብዕለተ ሰንበት ብሻብዓይቲ መዓልቲ ኣዕረፈ፡’ በለ። ደጊሙ ውን ‘ናብ ዕረፍተይ ኣይክኣትዉን እዮም፡’ በለ። ዘፍጥ 2፡2። መዝ 95(94)፡11
፰ ርኢኩ ዘከመ ይሬሲ ትምህርቶ ክሡተ እስመ እግዚአብሔር ያዜክር ዕረፍተ ዘበሰማያት እስመ በዕለተ ሰንበት አመ ተናገረ ዳዊት ምስሌሆሙ ሀለዉ ውስተ ምድረ ርስት በዕረፍት እንተ ኢቦእዋ እለ ኢኮኑ ቱሱሐነ በሃይማኖት ወእምዝ ይቤ ወቦ እለ ተጎድጉ ኢይባኡ ውስተ ዕረፍቱ	8 እግዚኣብሔር ነቲ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዘሎ ዕረፍቲ ስለዘመልክትልና፡ ቅዱስ ጳውሎስ ንትምህርቱ ግልጺ ከም ዝገብር ርኢኻዶ፡ ብዕለት ቀዳሚት ዳዊት ምስኣም ኮይኑ ኣብ ዝተዛረበሉ ጊዜ፡- እቶም ብሃይማኖት ሓደ ዘይኮኑ ሰባት ኣብታ ዘይኣተውዋ ምድረ ርስቲ ሰንበት የኽብሩ ነይሮም፡ ደኃር ናብ ዕረፍቱ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፶፩	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
ወቀደምትኒ ሰሚያሙ ኢቦእዋ እስመ ክሕዱ ።	ንከይኣትዉ ዝተኸልከሉ ኣለዉ፡ በለ። እቶም ቀዳሞት እስራኤላውያን ውን ምድረ ርስት ከምዘላ ሰምዑ፡ ግና ስለዘይኣመኑ ኣይኣተውዋን።
፱ ወእንበይነ መኑ ይብል ካዕበ ዮም በዳዊት እምድኅረ ጕንዱይ መዋዕል ወይብል ዮም አመ ሰማዕክሙ ቃሎ ኢታጽንዑ ልበክሙ እስመ ሰንበት ዕረፍት ውእቱ ሶበሰ ተናገረ በእንተ ዕረፍቶሙ ውስተ ምድረ ርስት እምኢያሰፈወ ዳግመ ከመዝ በዳዊት።	9 እምበአር ድኅሪ ነዊኅ ዘመን ኣብ ዳዊት ኃዲሩ ዳግማይ ብዛዕባ መን ደኣ ሎሚ ይብል፡ ‘ሎሚ ቃሉ እንተ ሰማዕኩም ልብኹም ኣይተትርሩ’ ይብል እዩ። ሰንበት ዕረፍቲ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኣብ ምድረ ርስት ዝረኸብዎ ዕረፍቲ ተዛረብዎ እንተ ዝኸውንሲ ዳግማይ ኣብ ዳዊት ኃዲሩ ከምዚ ኢሉ ተስፋ ኣይምተዛረበን ነይሩ።
፲ ወበእንተዝ ዳግመ ነገረ እምድኅሬሁ ወይቤ ሶበሰ አዕረፎሙ ኢያሱ እምኢተናገረ ዳዊት እንተ ካልእ ዕለት እምድኅረ እማንቱ መዋዕል ዘንተ ይቤ ሐዋርያ በዐቢይ ልቡና እንዘ ያዐውድ ምሳሌ ነገር ከመ ይክሥት ሎሙ ጥዩቀ።	10 ስለዚ ከም ብሓድሽ ነገሩ መሊሱ፡- ‘ኢያሱ ኣዕረፍዎም እንተ ዝኸውንሲ ድኅሪ እተን ዕለታት፡ ዳዊት ብዛዕባ ካልእ መዓልቲ ኣይምተዛረበን ነይሩ፡’ በለ። ሓዋርያ ጳውሎስ ብፍጹም ፍልጠት ናይቲ ነገር ምሳሌ ኣራቒቑ በጺሑ፡ ነገሩ ንኽገልጸሎም ነዚ ተዛረበ ።
፲፩ እምዝ ከሠተ ዘንተ ነገረ ርቱዐ ወይቤ ቦኑ ተርፈ ሰንበት ለሕዝበ እግዚአብሔር ሠናየ ያጤይቅ ዝንቱ ነገር ወኢይቤ መካነ ዕረፍት አላ ይቤ ሰንበት ።	11 ብድኅር'ዚ ነገሩ ገሊጹ ኣረድኣ። ‘ብሓቂ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ዕረፍቲ ተነቢር ሎም እዩ፡’ በለ። ነዚ ነገር'ዚ ሓቅነቱ የረድእ። ‘ሰንበት’ በለ እምበር፡ ‘ቦታ ዕረፍቲ’ ኣይበለን።
፲፪ እስመ ሰንበት ዕረፍቶሙ ይእቲ እምኵሉ ግብሮሙ ወያብዕሉ ባቲ በዕ ረፍት ወዘንተ ተናገረ በእንተ መንግሥተ ሰማያት ዘከመ ሰንበቱ ለእግዚአብሔር ።	12 ሰንበት ካብ ኵሉ ሥራሑም ዘዕርፉላ መዓልቲ እያ። ኣብ ዕረፍቲ ኮይኖም ውን ፍጹም ሓጐስ ይገብሩ። እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዘውርሳ ዕረፍቲ ብምኻና፡ ብዛዕባ መንግሥተ ሰማያት ተዛረበ።
፲፫ ወይኤዝዝ ከመ ይትገኑሙ እምኵሉ ምግባር ወእምኵሉ ኃጢአት ዘእንበለ እልክቱ እለ ይትቀነዩ ለእግዚአብሔር ባሕቲቶሙ ሎቱ ለባሕቲቱ ዝንቱ ዘይፈጽምዎ ካህናት ወይኩን ኵሉ እንበለ ኃጢአት እንዘ ይገብር ኵሎ ዘቦ ረባሕ ለነፍስ ከመዝ ዘከመ እንታ ክቲ ሰንበት ትትሜሰል በመንግሥተ ሰማያት። ዘኍ ፳፰፡፱። ማቴ ፲፪፡፭።	13 ብዘይካ እቶም ዘገልግሉ ካህናት፡ ተፈልዮም ንእግዚኣብሔር ጥራሕ ዝሠርሕዎ ሥራሕ እንተዘይኮይኑ ካብ ኵሉ ሥራሕን ካብ ኵሉ ኃጢኣትን ንክርሕቁ ይእዝዝ ነበረ። ከምታ ብመንግሥተ ሰማይ እትምሰል ሰንበት ኵሉ ንረብሓ ነፍሲ እናሠርሐ ኃጢኣት ዘይብሉ ይኹን። ዘኍ 28፡9። ማቴ 12፡5።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፶፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
፲፬ ወእምዝ ወሰከ ዲበ ነገር ወይቤ እስመ ዘቦአሰ ውስተ ዕረፍት ከመ ውእቱ አዕረፈ እምኵሉ ግብሩ በከመ ዘዚአሁ ለእግዚአብሔር ወዓዲ አምጽአ ነገረ ትምህርት ዘእማዕከል ወይቤ ናስተፋጥን እንከ ከመ ንባእ ውስተ ዕረፍቱ።	14 ብድኅር'ዚ ካብቲ ዝበሎ ወሲኹ፡- እቲ ናብ ዕረፍቲ ዝኣተወስ ከምቲ እግዚኣብሔር ካብ ኵሉ ግብሩ ዘዕረፈ ንሱ ውን ካብ ኵሉ ግብሩ ከምዘዕረፈ ተዛረበ። ዳግማይ ውን ኣብ መንጎ እስራኤል ዘሥጋን እስራኤል ዘነፍስን ዘሎ ትምህርቲ ኣምጺኡ 'እምበኣር ናብቲ ዕረፍቲ ሰማያት ክንኣቱ ንቀላጠፍ፡' በለ።
፲፭ ወለእመ ትብል ምንትኑ ውእቱ አፍጥኖ አ ጳውሎስ ብዑዕ ይብለከ እመሂ አበስከ ኵሎ ዕለተ ኢትት ሀከይ ተመይጦ ኀበ እግዚአብሔር ።	15 አ ብዑዕ ጳውሎስ ምቅልጣፍ እንታይ እዩ፧ እንተበልካዮ፡ 'ኵሉ ሳዕ እንተ በደልካ ብንሰሓ ናብ እግዚኣብሔር ንምምላስ ሽለል ኣይትበል' ይብለካ ።
፲፮ እስመ መንፈስ ቅዱስ ይጸርሕ ለነ ኵሎ ዕለተ ወይብል ዮም አመ ሰማዕ ክሙ ቃሎ ኢታጽንዑ ልበክሙ ኢትትሀከዩ ወኢትኩኑ እንበለ ተስፋ እንተ መድኃኒትነ ሶበ ንኤብስ ለእግዚአብሔር ኵሎ ዕለተ ንትነሣእ እንከ ለንስሐ እንዘ ሕያዋን ንሕነ በውስተዝ ዓለም ።	16 ስለ ድኅነትና ኵሉ ሳዕ መንፈስ ቅዱስ፡- 'ሎሚ ቃሉ እንተ ሰማዕኩም ልብኹም ኣይተትርሩ፡ ሽለል ኣይትበሉ፡ ብዘይ ተስፋ ኣይትኹኑ' እናበለ ይነግረና እዩ እሞ ኵሉ ሳዕ ንእግዚኣብሔር እንተ በደልና ኣብዚ ዓለም'ዚ ብሕይወት ከሎና ብንሰሓ ንመለስ።
፲፯ ወዝንቱ ነገር ዘይብል ዮም አመ ሰማዕክሙ ቃሎ ኢታጽንዑ ልበክሙ ነገረ ተግሣጽ ወምዕዳን ውእቱ ወወሰከ ዲበ ነገር ዘይቤ አልቦ ዘይወድቅ ውስተ ስሒተ ዚአሆሙ በክሕደት።	17 እዚ ሎሚ ቃሉ እንተ ሰማዕኩም ልብኹም ኣይተትርሩ ዝብል ነገር፡- ናይ ምኽርን ተግሣጽን ዘረባ እዩ። ኣብ ልዕሊ እቲ 'ልብኹም ኣይተትርሩ' ዝበሎ፡ 'ኣብ ክሕደት እስራኤል ዝወድቐ ኣይሃሉ' ክብል ወሲኹ ተዛረበ።
፲፰ ወእለሂ ይሰምዑ ዘንተ ኢየሐልዩ እስመ ዘወድቁ እምእልክቱ አከ ዘረከቦሙ ኵነኔ በዝየ ባሕቲቱ ዘውእቱ ድቀተ አዕዕምቲሆሙ በገዳም አላ እምድኅረ ኀጥእናሆሙ ዕረፍተ ኮነ ርስቶሙ ውስተ ገሃነም። ፩ቆሮ ፲፡፭።	18 እቶም ዝሰምዑ ሰባት ነዚ ኣይሕሰቡ፡- ካብኣቶም ተፈልዮም ዝጠፍኡ ፍርዲ ዝረኸቦም ኣብዚ ዓለም ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ውን ኣብ በረኻ ኣዕዕምቶም ወዲቹ ምትራፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ዕረፍቲ ድኅሪ ምስኣኖም ውን ቦታኦም ኣብ ገሃነም ኮነ። 1ይ ቆሮ 10፡5።
፲፱ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ እስመ ሕያው ቃለ እግዚአብሔር ወብዑዕ ወይበልሕ እመላሚ ዘፀኤ አፉሁ ወይፈልጥ ነፍሰ እምሥጋ ወይሌሊ ሥርወ እመሌሊት ወየሐትት ሕሊና ወፍትወተ ወምክረ ልብ ወአልቦ ዘይትኀባእ እምኔሁ እምኵሎሙ ፍጡራን አላ ክሡት ኵሉ ወሥጡሕ ቅድመ አዕይንቲሁ። ዕብ ፬፡፲፪-፲፫። ራእ ዮሐ ፩፡፲፮።	19 ስለዚ ቃል እግዚኣብሔር ሕያውን ኵሉ ዝኽእልን፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሕን እዩ። ነፍሲ ካብ ሥጋ ዝፈሊ፡ ንሡር ካብቲ መራኽቢኡ ዝፈሊ፡ ሓሳብን ፍቓድን ምኽሪ ልብን ዝምርምር እዩ። ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኵሉ ስጡሕን ቅሉዕን እዩ እምበር ካብ ኵሎም ፍጡራን ካብኡ ዝሥወር የልቦን። ዕብ 4፡12-14። ራእ ዮሓ 1፡16።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
፷ ወካዕበ ይቤ እስመ ለዘከመዝ ይበጽሕ ቃል ኀቤሁ ከመ ያውሥእ እሎንተ ኵሎ ግብራተ።	20 ደጊሙ ውን ንከምዚ ዝበለ ሰብ ብዛዕባ ኵሉ ሥራሑ መልሲ ምእንቲ ክህብ ፍርዲ ከምዝመጽኦ ተዛረበ።።
፷፩ ወከመ ኢይስሐት መኑሂ ወኢይቅበጽ አኀዘ ወይቤ ናዝዙ ቢጸክሙ ኵሎ አሚረ ወከመዝ ይደልወነ ንናዝዝ ኵሎ አሚረ ድኩማነ አልባብ ከመ ይጽንዑ በከመ ጸሐፈ ውስተ መልእክቱ ለሰብአ ቆሮንቶስ እንዘ ይብል ናዝዙ ድኩማነ አልባብ ወተወከፉ ሕሙማነ ተዐገሡ ምስለ ኵሉ። ፩ተሰሎ ፭፡፲፬።	21 ‘ሓደ እኳ ከይጋገን ተስፋ ከይቁርጽን ኵሉ ሳዕ ንኣኀዋትኩም ምኽሩ መሃሩ፡’ ብምባል ጀመረ። እምበኣር ኣብ ሃይማኖት ምእንቲ ክጸንዑ፡ ነቶም ብኣእምሮ ድኹማት ዝኾኑ ከነጸናንየም ይግብኣና። ኣብ መልእኽቱ ንሰብ ቆሮንቶስ ከምዝጸሓፎ፡- ‘ነቶም ብኣእምሮ ድኹማት ዝኾኑ ኣጸናንዑ፡ ነቶም ብኃጢኣት ዝሓመሙ ብንስሓ ተቐበሉ፡’ ምስ ኵሉ መከራ ተቐበሉ ይብል። 1ይ ተሰሎ 5፡14።
፷፪ ወዘኢይገብር ከመዝ ምስለ ድኩማን ወኢይትዔገሥ ኵሎ በኢያእምሮ አግዘፈ ክሣዶ ፈድፋደ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ለእልክቱሂ ናዝዙ ቢጸክሙ።	22 ከምዚ ነቶም ዝኃዘኑ ዘየሐጕስ፡ ንኵሉ መከራ ብሓጐስ ዘይቅበል ንሱ ፈጺሙ ብዘይ ፍላጥ ልቡናኡ ኣትረረ። ስለዚ ኸኣ ነቶም ዕብራውያን ‘ንኣኀዋትኩም ምኽርዎም መሃርዎም’ በለ።
፷፫ ከመ ኢይስሐት መኑሂ በስሕተተ ኃጢኣት ዘውእቱ ቀቢፀ ተስፋ ዘበአማን እስመ ቀቢፀ ተስፋ እምስሕተተ ሰይጣን ውእቱ ወይሬስዮ ለሰብእ ከመ ይበል አልቦ ትንሣኤ ለግሙራ ወኢመንግሥተ ሰማያት ወኢኵነኔ ለግሙራ።ማቴ ፷፪፡፳፫-፴፫።	23 ኃጢኣት ብዘምጽኦ ቀቢጸ ተስፋ ሓደ እኳ ከይተኃዝ። እዚ ኸኣ ሓቀኛ ተስፋ የልቦን ማለት እዩ። ተስፋ ምቑራጽ ካብ ሰይጣን ዝተረኽበ ብምኻኑ፡ ንሰብ ፈጺሙ ትንሣኤ ምውታን የልቦን መንግሥተ ሰማያት የልቦን ናይ ዘለዓለም ኵነኔ ውን ፈጺሙ የልቦን ከምዝብል ይገብሮ ። ማቴ 22፡23-33።
፷፬ ወበእንተዝ ይገብር ኵሎ ፈቃዶ እኩየ ወይከውን እንበለ ትካዘ ልብ ወይብል እስመ ናሁ ፈጸምኩ ኃጢኣተ ወአልብየ ተስፋ ከመ እትመየጥ እርብሓ ዳግመ ለነፍስየ እንከሰ እፈጽም ተረፈ ሕይወትየ በፍትወተ ልብየ ወይሔሊ ከመዝ በስሕተት እኩይ።	24 ምእንቲ'ዚ ድማ ንኵሉ ክፉእ ፍቓዱ ይሠርሕ። ጣዕሳ ልቢ ዘይብሉ ኮይኑ ይነብር። እንሆ ኃጢኣት ፈጺመ ኣሎኹ፡ ዳግማይ ተመሊሰ ንነፍሰይ ክረብሓ ተስፋ የብለይን፡ ሕጅስ በዚ ተሪፉ ዘሎ ዘመነይ ልበይ ዝፈተዎ ክፍጽም እየ፡ ይብል። ብክፉእ ስሕተት ከምዚ ይሓስብ።
፷፭ ወአኀዘ ይናዝዞሙ በነገር ዘይቤ ድኅሬሁ ንሕነሰ ኮነ ሱቱፋኒሁ ለክርስቶስ ወካዕበ ይቤ እስመ ዘአፍቀረነ ከመዝ እስከ ረሰየነ እሊአሁ ወዘዚአሁ ሥጋ ኢይትገንሥ እምኔነ ከመ ኢንትጎጕል ወባሕቱ ይጽሕቅ በእንቲአነ ከመ ሥጋሁ።	25 ንሕናስ ምስ ክርስቶስ ሓደ ኮይንና ኢና ብምባል ቀጺሉ ብዝተዛረቦ ዘረባ ከጸናን ያም ጀመረ። ከምኡ ውን ‘ንወገናቱ ናቱ ኣካል ክሳዕ ምግባር ብኽምዚ ዘፍቀረና፡ ንሱ፡ ኣካሉ ከም ምኻንና መጠን ምእንቲ ከይንጕዳእ ኻኽድኅነና ይፈቱ ደኣ እምበር ካባና ኣይፍለይን እዩ’ በለ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
፷፮ ወካዕበ አፍርሀነ በነገር ዘምሉእ ፍርሀተ ወትካዘ እንዘ ይብል ንፍራህ እንከ ወኢይምሰሎ ለፍጥረት እምኔክሙ ዘየኀጥእ ዝኩተ አላ ናፍጥን ከመ ንባእ ውስተ እንታክቲ ዕረፍት።	26 ከምኡ ውን በቲ ፍርሃትን ኃዘንን ዝመልኦ ዘረባ ከምዚ ብምባል ኣኃዘኑና፡- ‘ናብ ዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት ንክን ኣቱ ንፍራህ፣ ትእዛዙ ውን ኣይነፍርስ። ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ንምእታው ንቀላጠፍ ደኣ እምበር ሓደ እኳ ካቦኻትኩም መንግሥተ ሰማያት ዝስእን ኣይምሰሎ።’
፷፯ ርኢክሙ ይእዜ እስመ አኮ ነገሩ በእንተ ዕረፍት ዘፍልስጥኤም ዳእሙ ነገሩሰ በእንተ ዕረፍት ዘበአማን እንተ በሰማያት መካን እንተ አልባቲ ፃማ ወኀዘነ ልብ ወኢትካዘ ወኢሕማም ወኢጸዕር ወኢፍርሃት ወኢሁከተ ነፍስ አላ ፍርሃተ እግዚአብሔር ባሕቲቱ ዘይመልኣ ለነፍስ ምዕርዕርና።	27 ትምህርቱ ብዛዕባ ዕረፍቲ ፍልስጥኤም ከምዘይኮነ ፈሊጥካዶ፧ ነገሩስ ብዛዕባ እታ ኣብ ሰማይ ዘላ ዘይትኃልፍ ዕረፍቲ እዩ። ንሳ ውን ድኻም፣ ኃዘን ልቢ፣ ጓሂ፣ መከራ፣ ጭንቀት፣ ፍርሒን ሁከት ነፍስን ዘይብላ እያ። ንነፍሲ ጣዕሚ ዝመልእ ኣንክሮ ተደሞ ጥራሕ እዩ እምበር።
፷፰ መካን ኀበ አልቦቱ ሕማም ወኀዘን ወኢሐፍ ኢንዴት ወኢቅንኣት ኢጽልእ ወኢቂም ወኢደዌ ወኢሞት አላ ሰላም እምኮሉ ፍናው ፍሥሓ ወኃሤት በአንፈርዕያ ወነይል እንበለ ሙስና ወተሐድሶ ነፍስነ ወሥጋነ ወመንፈስነ ወሕይወት ዘለዓለም ውስተ ሠናይት እንተ አልባቲ ማኅለቅት። ፩ጴጥ ፩፡፫-፲። ራእ ዮሐ ፷፩፡፪-፭።	28 ብኮሉ ሥራሕ ፍቕርን ሓድነትን፣ ካብ ልቢ ዝኾነ ፍጹም ተድላን ሓጐስን፣ ድኻም ዘይብላ ኃይሊ፣ ምሕዳስ ናይ ነፍስን ሥጋን ልቡናን፣ ጎልፈት ኣብ ዘይብላ መንግሥተ ሰማያት ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝርከባ እያ ደኣ እምበር መከራ፣ ኃዘን፣ ድኻም፣ ሽግር፣ ቅንኢ፣ ጽልኢ፣ ቂምታ፣ ሕማምን ሞትን ዘይብላ ቦታ እያ። 1ይ ጴጥ 1፡8-10, ራእ ዮሐ21፡2-6።
፷፱ እመሰ ትፈትዉ እሜስል ለክሙ አምሳሊሃ እንዘ ኢይትከሀለኒ እንግር አምሳሊሃ ዘከመ ይደሉ አላ እነብብ ዘከመ ይትከሀለኒ አንቃዕድዉ ሰማየ ወነጽሩ ዘከመ እፎ ሥኑ ወሶበ ይጼልኡ ደመና ይቴክዝ አልባቢክሙ ወበጊዜ ይትገኀሥ እምኔሁ ደመና ይበርህ ጥቀ ዘከመ ይበርህ ወርቅ ፈድፋደ እምነ ጽቡር። ዘፍ ፩፡፲፬-፲፮። መዝ ፲፰(፲፱)፡፲፩-፲፪። ፪ሳኁ(፪ሳኂ)፡፳።	29 እንተፈቲኹምሲ ናታ ምሳሌ ብዝግባእ ምዝራብ ንዘይክኣለኒ፣ በቲ ዝኸኣለኒ መጠን መሲለ እነግረኩም ኣሎኹ። ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪርኩም መልክዑ ከመይ ከምዝኾነ ረኣዩ። ደመና ምስ ጋረዶ ልብኹም ይኃዝን። እቲ ደመና ካብኡ ምስ ኣልገሰ ግና ከምቲ ወርቂ ኣጸቢቑ ካብ ጭቃ ዝበርህ ፈጺሙ ይበርህ። ዘፍ 1፡14-17። መዝ 18(17)፡11-12። 147 (146)፡8።
፸ እመሰ ዛቲ ምድር ትበርህ ኮለንታሃ በርቀተ ፀሐይ ዲቤሃ መኑመ ይብል ያስተማስል ብርሃነ ዘመልዕልተ ሰማይ አው ሥኖ ለንጉሥ ዓቢይ አው ፀዳለ መላእክት ወሊቃነ መላእክት ወኃይላት እለ አልቦሙ ጕልቍ ወእለ	30 ፀሓይ ምስ ወጽኣት እዛ ምድሪ ብምልኣ ትበርህ ካብ ኮነት፡- ክዛረብ ከሎ ነቲ ልዕሊ ሰማይ ዘሎ ብርሃን፣ ንግሩም ዝኾነ ክብሪ ንጉሥ፣ ንግርማ ናይቶም መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ኣብ ዙርያ ዝፋን ንጉሥ ዝቕሙ ሥፍሪ ቍጽሪ ዘይብሎም ኃይላትን፣ ከምኡ ውን ንብርሃን ናይ ኮሎም እቶም ምስ ብጕይትነቱ ዘሎ ንጉሥ ዘሐጕሱ፣ ብርሃናት፣

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
ይቀውሙ ዓውደ መንበሩ ለንጉሥ ወብርሃነ ኵሉ ብርሃናት እለ ያብዕሉ ምስለ ንጉሠ ስብሐት ወአልቦ ዘይክል መኑሂ በነገር ይትናገር አምሳለ ዘከመ ድልወቱ ወባሕቱ ንፈቅድ ኃዲረ ውስቴቱ ወአሜሃ ነአምሮ።መዝ ፷፡፩። ዕንባ ፫፡፫-፬። ሕዝ ፲፡፬። ፩ቆሮ ፲፫፡፬-፲፫።	ነዚ ይመስል ኢሉ ክምስል ዝከኣሎ መን እዩ፡ ብዛዕባ መንግሥተ ሰማያት ከም ዝግባእ መሲሉ ክዛረብ ዝከኣሎ ፍጹም የልቦን! ኣብኡ ምንባር ንፈቱ ኢና፡ ሽዕኡ ኸኣ ኢና ንፈልጦ። መዝ 8፡1። ዕንባ 3፡3-4። ሕዝ 10፡4። 1ይ ቆሮ 13፡9-13።
፴፩ ወካዕበ ንጎሥሥ ካልአ አምሳለ ከመ እንተ ብእሲ ዘነግሠ ላዕለ ኵሉ ዓለም ወአልቦ ዘይትቃረኖ መኑሂ ወኢየኀ ጥእ ምንተኒ ዘፈቀደ ወኮሉ ሰብእ ይትኤዘዙ ሎቱ ወያከብርዎ ወቦቱ ብዙኃን ወዓልት እለ ይቀውሙ ዓውዶ ወይነብር በብዙኅ ዕረፍት ወቅድሜሁ ክዕው ወርቅ ብዙኅ ከመ ኀሣ ባሕር ወውእቱ ይክል ኵሎ ወጥዑይ ኵሉ ሥጋሁ ይትከሃለ ክሙኑ ታእምሩ መጠነ ዕረፍቱ።	31 ደጊምና ውን ካልእ ንምስል። ኣብ ኮሉ ዓለም ዝነገሠ ንጉሥ ከምዘሎ ምስ ንሓስብ፡- ንእኡ ዝቃወሞ ኮነ ብጽልኢ ዝለዓሎ ምንም ዘየልቦ፡ እቲ ዝፈተዎ ዋላ ሓደ ዘይስእን፡ ኮሎም ሰባት ዝእዘዝዎን ዘኽብርዎን፡ ኣብ ዙርያ ዝፋኑ ዝቕሙ ብዙኃት ዓሻክር ዘለውዎ፡ ኣብ ፍጹም ዕረፍቲ ዝነብር፡ ኣብ ቅድሚኡ ከም ሑፃ ባሕሪ ብዙኅ ወርቂ ዝከዓዉ፡ ንሱ ኮሉ ክገብር ዝኽእል ኮሉ ደቂ ጠፊኡሉ ብሕይወት ዝነብር ንጉሥ እንተሃለወ፡ ነቲ ናቱ ብዝኀ ሓጐሱ፡ መጠን ዕረፍቱ ምፍላጥ ዶ ይከኣለኩም እዩ፡
፴፪ ከመዝ ውእቱ ዘይከውን ድልወ ለብዑዓን እንተ ትመጽእ እንዘ ኢይትከሀለነ ንፈክር አምሳለ እንታክቲ ወካዕበ ይደሉ ንጎሥሥ ካልአ አምሳለ ከመ እንተ ሕፃን ነዳይ ወጎሠር በውስተ ከርሠ ወሶበ ተወልደ በጊዜሃ ነግሠ ላዕለ ኵሉ ምድር ከማሁ ዘኮነ ድልወ ለመንግሥተ ሰማያት ወዝኒ ዓዲ ኢኮነ አምሳሊሃ ለእንታክቲ አርአያ። ሮሜ ፰፡፲፰።	32 ንመንግሥተ ሰማያት ክንምስላ እኳ እንተ ዘይከኣልና፡ ነታ እትመጽእ ክብሪ በቒዑ ዝርከብ ሰብ ግና ከምዚ እዩ። ከምኡ ውን ካልእ ምሳሌ ክንደሊ ይግባእ። ኣብ ማኅፀን ከሎ ድኻን ጐሠርን ዝነበረ ሕፃን ምስ ተወልደ ኣብ ልዕሊ ኮሉ ምድሪ ከምዝነግሥ፡ ንመንግሥተ ሰማያት ዝበቐዐ ሰብ ድማ ከምኡ እዩ። እዚ ውን ነታ ክብሪ እቲኣ ምሳሌኣ ኮይኑ ኣይኮነን። ሮሜ 8፡18።
፴፫ ሶቤሃ ትሬኢ ንጉሠ እንዘ ይነብር ውስተ ጽርሑ ዲበ መንበረ ወርቅ ወአልባሲሁሂ ያፀድል በሥርዌ አዕ ናቀ ወዓውዶ ይቀውሙ ብዙኃን ወዓልት እንዘ ይፀውሩ ንዋየ ወርቅ ወብሩር እለ ያዕደለድሉ ወዓበይቱሂ ነበሩ ዐውዶ በዲበ መናብርተ ወርቅ ወብሩር በበመዓርጊሆሙ አኮኑ ትዴ መም ወታነክር ወትትፌሣሕ በርእይ።	33 ነቲ ንጉሥ፡- ኣብ ውሽጢ ኣዳራሹ ኣብ ወርቂ ዝፋን ተቐሚጡ፡ ክዳኑ ብብሩህ ኣዕናቕ እናብርሀ፡ ዘንጸባርቕ ናይ ወርቅን ብሩርን ዋልታ ኮናት ጒዞም ብዙኃት ፈተውቲ ኣብ ዙርያ ዝፋኑ ቆይሞም፡ መኳንንቲ ሊቃውንቲ ውን በብመዓርጎም ብየማንን ብጸጋምን ኣብ መንበር ወርቅን ብሩርን ተቐሚጦም እንተ ትርኢ፡ ብምርኣይ ጥራይ ተሓጉስካ ኣይትድነቕን ኣይትግረምን ዶ፡

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፭	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 65
፴፬ እፎ ኢትትፈሣሕ ሶበ ትሬኢ ሠራዊተ ሰማያውያነ ወመንፈሳውያነ እንዘ ይበርሁ በዘኢይትነገር ብርሃን ዓውደ መንበረ ንግሥ ዘይነብር ዲቤሁ ንጉሠ ነገሥት ወይበርህ በብ ርሃን ዘኢይቀርቦ መኑሂ ወኢይት ከሃል ነጽሮቱ ወኮሎሙ ቅዱሳን ይነብሩ ዓውዶ በዲበ መናብርተ ብርሃን ይበርሁ ፈድፋደ እምፀሐይ ምእልፊተ አእላፍ። ማቴ ፲፫፡፵፫።	34 ኣብቲ ንጉሠ ነገሥታት ዝተቐመጠሉ፡ ሓደ እኳ መርሚሩ ዘይፈልጦ፡ ክርእ ዘይከኣል ብርሃን ኣብ ዘብርሃሉ ኣብቲ ዙርያ ዝፋን መንግሥቲ፡ እቶም ብዘይምርመር ብርሃን ዘብርሁ ሰማያውያን መንፈሳውያን ሠራዊት እንተትርኢ፡ ከምኡ ውን ኵሎም ቅዱሳን ኣብ ዙርያ መንበር ብርሃን ተቐሚጦም ካብ ፀሓይ ኣዝዮም ብጣዕሚ ክብርሁ እንተትርኢ ከመይ ደስ ኣይብለካን፡ ማቴ 13፡43።
፴፭ ወባሕቱ እስከ ማእዜኑ አፈጥን ነጊረ በዘኢይትረከብ ዘዓይን ኢርእየ ወዕዝን ኢሰምዐ ወውስተ ልበ ሰብእ ዘኢተሐለየ በከመ ጽሑፍ ዘእስተዳለወ እግዚአብሔር ለእለ ያፈቅሩ ስሞ ቅዱሰ ወብዑዓን እሙንቱ እለ ኮኑ ድልዋነ ለረኪቦቱ በሥነ ምግባሮሙ። ፩ቆሮ ፪፡፱።	35 እንተኾነ ግና ምሳሌ ከይረኽብኩ፡ ነቲ ዘይምርመር፡ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምያን ኣብ ልቢ ሰብ ዘይተሓስበን ክሳዕ መዓስ እየ ቀልጠፈ ክዛረብ፡ ‘እግዚኣብሔር ነቶም ብክቡር ስሙ ዝኣምኑ ዘዳለዎ እዩ’ ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ፡ ሠናይ ተግባር ሠሪሖም መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ በቒያም ዝተረኽቡ ብፁዓን እዮም። 1ይ ቆሮ 2፡9።
፴፮ በከመ ይረክቦሙ ወይቤ ለእለ ኢኮኑ ድልዋነ ለረኪቦቱ በእንተ እከየ ምግ ባሮሙ እስመ ዝንቱ ግብር ኮነኔ ዐቢይ ውእቱ ፈድፋደ እምኮኑኔ ዘይረክቦሙ ንትዐቀብ እንከ ጥቀ ከመ ኢንሕምም በዝንቱ ኀዘን መሪር ዘይረክቦሙ ለእለ ይወድቁ እም እንታክቲ ብፅዓን። ማቴ ፲፡፳፰። ፳፭፡፵፮።	36 ቦቲ ክፉእ ሠራሒም መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ በቒያም ዘይተረኽቡ ግና ኃዘን ከምዝረኽቦም፡ ካብቲ ኣብዚ ዓለምዚ ዝረኽቦም ዝያዳ ኣብቲ ክንየዋይ ዓለም ዝበጽሖም መከራ ከቢድ ስቓይ እዩ እሞ ኣብቲ ካብ መንግሥተ ሰማያት ዝተፈልዩ ሰባት ዝረኽቦም መሪር ኃዘን ፍዳ ምእንቲ ከይንወድቐ፡ ካብ ክፉእ ምሥራሕ ንተሓሉ። ማቴ 10፡28። 25፡46።
፴፯ ወፈድፋደሰ ንኩን ድልዋነ ለፍሥሓ ዘኢይትነገር በዘይረክብዎ ቅዱሳን ሶበ ንተሉ አሠሮሙ ኮሎ ጊዜ ወከመዝ ይኩን አምሳለ ርስትነ ምስለ ርስቶሙ ውስተ እንታክቲ ዕረፍት ዘለዓለም። ቆላ ፩፡፲፪።	37 ብዝያዳ ድማ ንግብሮም ኮሉ ሳዕ ጎዝና ነቲ ቅዱሳን ዝወርስዎ፡ ነቲ ዘይምርመር ሓጐስ ብቒዓት ኸኹን። ኣብታ ዘይትኃልፍ ዕረፍቲ መንግሥተ ሰማያት ውን ርስትና ምስ ርስቶም ከምኡ ሓደ ይኹን። ቈላ 1፡12።
፴፰ ከመዝ ይኩነነ ድልወተ በጸጋሁ ወበምሕረቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወበአፍቅሮቱ ሰብአ ዘሎቱ ስብሐት ምስለ ኄር አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	38 ሎምን ንዘለዓለምን ምስ ለዋህ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ክብርን ጐይትነትን ናቱ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ በቲ ጸጋኡን ለውሃቱን ሰብ ምፍታዉን፡- ‘መንግሥተ ሰማያት ንምብቃዕ ይኹነልና’ ኣሜን።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
ምዕራፍ ፷፮ ክፍል ፫	**ምዕራፍ 66 ክፍሊ 3**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት ስቡሕ።	1 ደጊሙ ውን ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ናይ ክቡር ልደት ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ዓንቀጽ ከምዚ በለ።
፪ ዮም ተወልደ ቀዳማዊ ወኮነ በዘኢዚአሁ ውእቱ አምላክ ቀዳማዊ ወኢተወለጠ እመለኮቱ በከዊኖቱ ሰብአ።	2 ቀዳማዊ ኣምላኽ ሎሚ ተወልደ። በቲ ጥንቲ ናቱ ዘይኮነ ባህርይ ውን ተረኽበ። ንሱ ቀዳማዊ ኣምላኽ እዩ፡ ሰብ ብምኻኑ ውን ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን።
፫ ወአኮ ጥንተ መለኮቱ እምለፋ ልደቱ እምሰብእ አላ ውእቱ ጥበብ ዘሀሎ እምቀዲሙ ምስለ አብ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ ዘኢየሐምም ተሠገወ በሥጋ ሐማሚ እንዘ ኢይትዌለጥ እምህላዌ መለኮቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፩ቆሮ ፪፡፮-፲፪።	3 ናይ መለኮቱ ምርካብ ውን ድኅሪቲ ካብ እመቤትና ምውላዱ ኣይኮነን። ዓለም ከይተፈጥረ ምስ **ኣብን መንፈስ ቅዱስን** ዝነበረ ጥበብ እዩ እምበር።እቲ ዘይሓምም ንሱ ካብ ባህርየ መለኮቱ ከይተለወጠ ነቲ ሕማም ዝሰማምዖ ሥጋ ተዋሓደ። ዮሓ 1፡1-14። 1ይ ቆሮ 2፡6-12።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፬ ወካዕበ ይቤ ዘይነብር ዲበ መንበር ልዑል ተወድየ ውስተ ጎል ወወልድ ዋሕድ ዘኢይትገሠሥ ዘሀሎ እንበለ ሥጋ ተገሠ ይእዜ በለቢሰ ሥጋ ዘይመትር ማዕሠረ ኃጢኣት ተጠብ ለለ በአጽርቅት። ሉቃ ፪፡፭-፲፱።	4 ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፡- ኣብ ልዑል ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ንሱ ኣብ መብልዕ ማል ተደርበየ። ብዘይ ሥጋ ዝነበረ ዘይድኅሠሥ ወልድ ዋሕድ ሎሚ ሥጋ ብምውሓዱ ተዳኅሠሠ። ኃጢኣት ዘሥተስረ ንሱ ብኣጭርቐቲ ተጠቕለለ። ሉቃ 2፡6-19።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፭ ወካዕበ ይቤ መኑ ርእየ ወመኑ ሰምዐ እስመ እግዚአብሔር ዘኢይትገመር ተገምረ በከርሠ ብእሲት ዘኢይፀውርዎ ሰማያት ኢያፅአቆ ከርሣ ለድንግል አላ ተወልደ እምኔሃ እንዘ ኢይ ትዌለጥ መለኮቱ ወኢኮነ ዕሩቀ እመለኮቱ።	5 ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፡- እቲ ዘይውሰን እግዚኣብሔር ኣብ ማኅፀን ድንግል ከምዝተወሰነ መን ርኣየ መንከ ሰምዐ፡ ነቲ ሰማያት ዘይውስንዎ ንእኡ ማኅፀን ድንግል ኣይጸበቦን፡ ባህሪኡ ከይለወጠ ደኣ ካብኣ ተወልደ እምበር። ካብ መለኮቱ ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ትርጓሜ ወንጌል ዘማቴዎስ በእንተ ዘይቤሎ መልአክ ለዮሴፍ ኢትፍራህ ኦ ዮሴፍ ከመ ትንሥኣ ለማርያም ፍኅርትከ እስመ ዘይትወለድ እምኔሃ እመንፈስ ቅዱስ	6 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡-‘ካብኡ ዝወለድ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ’ሞ ኦ ዮሴፍ ንሕፅይትኻ ማርያም ንምውሳዳ ኣይትፍራህ’ ክብል መልኣኽ ንዮሴፍ ብዛዕባ ዝተዛረቦ ቃል ወንጌል ማቴዎስ ኣብ ዝተርጐመሉ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
ውእቱ እስመ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ዘፈጠረ ሥጋ ውስተ ከርሠ ድንግል ሥጋሁ ለቃል ውእቱ እምግብረ ሥምረቱ ለመንፈስ ቅዱስ ። ማቴ ፩፡፲-፲፭።	ዓንቀጽ ከምዚ በለ፡- ኣብ ማኅፀን ድንግል ሥጋ ዝፈጠረ መንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ፡ ናይ ቃል ሥጋ ምኻን ካብቲ ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስ ዝተፈጸመ ግብሪ ዝተላዕለ እዩ። ማቴ 1፡20-25።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፯ ወካዕበ ይቤ ውስተ ትርጓሜ ወንጌል ዘማቴዎስ በእንተ ዘይቤ እግዚእ ለአርዳኢሁ አንሰ ኢይሰቲ እምአጺረ ዝንቱ ወይን እስከ አመ እሰትዮ ሐዲስ ምስሌክሙ አንትሙ ሰማዕትየ እለ ትሬእዩኒ አመ እትነሣእ በግብር ሐዲስ ። ማቴ ፳፮፡፳፱።	7 ደጊሙ ውን ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ‘ተንሢአ ምሳኻትኩም ክሳዕ አሐዲሰ ዝሰትዮ፡ ካብዚ ጽማቑ ወይኒ ኣይሰትን እየ። ብሓድሽ ግብሪ ኣብ ዝትንሥኣሉ ጊዜ እትርእዩኒ ንሳኻትኩም መሲኻክረይ ኢኹም’ ንዝበሎ ወንጌል ማቴዎስ ኣብ ዝተርጕመሉ ዓንቀጽ ከምዚ በለ። ማቴ 26፡28።
፰ ምንትኑ ዝነገር ሐዲስ ውእቱ ግብር መንክር ሀለወክሙ ትርአዩ ከመ ብየ ሥጋ ምውት ወዳእሙ ኢመዋቲ ውእቱ ወኢይትዌለጥ ወአልቦቱ መፍቅድ ኀበ መብልዕ ሥጋዊ ወሰበሂ በልዐ ወሰትየ ምስለ አርዳእ እምድኅረ ትንሣኤ አኮ ፈቂዶ ለመብልዕ አላ በልዐ ወሰትየ ከመ ይእመኑ ከመ ውእቱ ተንሥአ እምውታን። ሉቃ ፳፬፡፵፩-፵፫።	8 እዚ ሓድሽ ዝበሎ ነገር እንታይ እዩ፡ እዚ ነገር'ዚ ግሩም እዩ። መዋቲ ሥጋ ከምዘሎኒ ትርእዩ ኣሎኹም ግና ድኅሪ ትንሣኤ ዘይመውት እዩ። ኣይልወጥን እዩ፡ ሥጋዊ መግቢ ውን ኣይደልን እዩ። ብድኅሪ ትንሣኤ ምስ ደቀ መዛሙርቱ እንተ በልዐን እንተ ሰተየን መግቢ ደልዩ ኣይኮነን፡ ንሱ ካብ ሞት ተፈልዩ ከም ዝተንሥኣ ንክኣምኑ ደኣ በልዐን ሰተየን እምበር። ሉቃ 24፡41-43።
ክፍል ፰	**ክፍሊ 8**
፱ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳኑ ዘዮሐንስ መንክር ግብር ውእቱ እስመ ቃል ሥጋ ዘኮነ ዘእንበለ ውላጤ ከሠተ ትእምርተ ቅንዋት።	9 ደጊሙ ውን ወንጌል ዮሓንስ ኣብ ዝተርጕመሉ ኣብ 77 ድርሳን ከምዚ በለ፡- እዚ ግሩም ሥራሕ እዩ። ከመይ ብዘይምልዋጥ ሰብ ዝኾነ ቃል ነቲ ምልክት (ሥምብራት) ዝተሸንከረሉ ኣየጥፍኣን።
፲ ወረሰዮ ይትገሠሥ በእደ መዋትያን ወኢገረመ እስመ ጊዜሁ ለአስተርእዮተ ሥጋ ዘረቀ ወኮነ ቀጢነ በዝ ግብር ለሊሁ ቦአ እንዘ ፅዕው ኀዋኅው ወአጠየቀ ግብሮ ከመ ውእቱ ርኁቀ እምነ ግዘፍ ወባሕቱ ገብረ ዘንተ ኵሎ ከመ ይትአመኑ በትንሣኤሁ ወያእምሩ ከመ ለሊሁ ተሰቅለ ወአኮ ካልእ ዘተንሥአ ። ዮሐ ፳፡፲፱-፳፳።	10 ብኢድ መዋትያን ከምዝድኅሠሠ ገበሮ። ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋ ዝርኣየሉ ጊዜ ብምኻኑ ኣየፍርሀን። ንሱ ብዕፅው ኣፍ ደገ ኣተወ። እቲ ግዙፍ ረቂቕ ከምዝኾነ ሥራሑ ኣረድኣ። ግና ቡቲ ትንሣኤኡ ምእንቲ ኽኣምኑ፡ እቲ ዝተሰቐለ ንሱ ከምዝኾነ፡ ዝተንሥአ ውን ካልእ ከምዘይኮነ ኽፈልጡ ነዚ ሥራሕ እዚ ሠርሐ። ዮሓ 20፡19-28።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
፲፩ ወበእንተ ዝንቱ ተንሥአ ወአትረፈ ትእምርተ ቅንዋት ውስተ ሥጋሁ ወዓዲ በልዐ ምስለ አርዳኢሁ ዘከመ ይገብሩ አርዳእ ኵሎ አሚረ እምቅድመ ትንሣኤሁ ወበእንተ ዝንቱ አግሀዱ ትንሣኤሁ ውስተ ኵሉ አጽናፈ ምድር እንዘ ይብሉ ዝውእቱ ዘርኢናሁ ወበላዕነ ወሰተይነ ምስሌሁ እምድኅረ ትንሣኤሁ እሙታን። ሉቃ ፳፬፡፴፱-፵፫።	11 ስለዚ ውን ተንሥአ፣ ኣብቲ ሥጋኡ ውን ሥምብራት ሽንካሩ ኣየጥፍአን። ከምኡ ውን ምስ ደቀ መዛሙርቱ በልዐ። እዚ ኸኣ ከምቲ ቅድሚ ትንሣኤ፣ ደቀ መዛሙርቱ ንግሆን ምሸትን ምስኡ ዝበልዑ ዝነበሩ እዩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ኣርባዕተ መዓዝነ ዓለም ትንሣኤኡ ኣረድኡ። ድኅሪ ትንሣኤ ውን ዝረኣናዮን ምስኡ ዝበላዕናን ዝሰተናን ንሱ እዩ ኢሎም ኣረድኡ። ሉቃ 24፡36-43።
፲፪ ወከመዝ ርኢናሁ እምቅድመ ስቅለት እንዘ የሐውር ዲበ ማየ ባሕር ወአኮ ዘንብል እስመ ዝንቱ ሥጋ እምካልእ ህላዌ አላ እምህላዌ ዚአነ ውእቱ ወከመዝ ርኢነ ዘንተ ሥጋ እምድኅረ ትንሣኤ ወቦቱ ትእምርታት ዘአቅደምነ ዘክሮቶሙ። ሉቃ ፳፬፡፴፱-፵፩። ማቴ ፲፬፡፳፭-፴፬።	12 ከምኡ ውን ቅድሚ ስቓለት ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ክኸይድ ርኢናዮ ነበርና፣ እዚ ሥጋ'ዚ ካብ ባህርይና ዝተረኽበ እዩ እምበር ካብ ካልእ ባህርይ ዝተረኽበ እዩ ኣይንበል። ከምኡ ኸኣ ድኅሪ ትንሣኤ ነዚ ሥጋ'ዚ ርኢናዮ። ኣቐዲምና ዝበልናዮም ምልክታት (ሥምብራት) ናቱ እዮም። ሉቃ 24፡36-41። ማቴ 14፡25-34።
፲፫ ወኢይትዌለጥ እንከ አላ ይሄሉ ዘልፈ እንበለ ውላጤ ወገብረ ዘንተ ኵሎ በእንተ አርዳኢሁ ።	13 ድኅር ሕጂ ኣይልወጥን እዩ። ኵሉ ሳዕ ከይተለወጠ ይነብር እምበር። ንደቀ መዛሙርቱ ንምእማን እዚ ኵሉ ገበረ።
ክፍል ፱	**ክፍሊ 9**
፲፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ትሩፍ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት ከመ ገባሪ ጠቢብ ሶበ ይረክብ ግብሮ ዘይትጌበር ይገብር እምኔሁ ንዋየ ሠናየ ከመዝ እግዚእነ ሶበ ረከበ ሥጋሃ ቅዱስ ለዛቲ ድንግል ወነፍሳ ቅድስት ፈጠረ ሎቱ መቅደሰ ዘቦቱ ነፍስ። ሉቃ ፩፡፷፮-፸፱።	14 ደጊሙ ውን እዚ ፍጹም መምህር ዮሓንስ ኣፈወርቅ ነገረ ልደቱ ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፍ ከምዚ በለ፡- ጥበበኛ ሠራሕ መሬት መሥርሒ ዝኾኖ ምሩጽ ጭቃ ምስ ረኸበ ብእኡ ገሩ ጽቡቕ ኣቐሓ ፃሕሊ ኮነ ዕትሮ ከምዝሠርሕ፣ ከምኡ ድማ ጐይታና ናይዛ ድንግል ንጹሕ ሥጋኣን ንጽሕት ነፍሳን ምስ ረኸበ ኸኽወሓደ ነፍስ ዘለዎ ሥጋ ፈጠረ። ሉቃ 1፡26-39።
፲፭ ዘከመ ፈቀደ ፈጠረ ሰብአ እምድንግል ወለብሰ ወተወሐደ ምስሌሁ ወወፅአ ዮም ወኢያስተተ ሕፀፀ ህላዌነ ወኢረሰዮ ሎቱ ሕፀተ ሶበ ለብሰ አባሎ ወዳእሙ ፍጡር ረብሐ ስብሐተ ዓቢየ ሶበ ኮነ ልብሶ ለፈጣሪ። ሉቃ ፪፡፲-፲፬። ዮሐ ፩፡፲፬።	15 ከም ዝፈተዎ ካብ ድንግል ነፍስን ሥጋን ፈጢሩ ለበሰ፣ ንኣኡ ውን ተዋሓደ። ሎሚ ተወልደ፣ ጕድለት ዘለዎ እዩ ኢሉ ንባህርይና ኣይጋደጎን። ቃል ንሥጋ ኣብ ዝተዋሓደሉ ጊዜ ካብቲ ምልኣቱ ኣይተ ወሰነን። እኳ ደኣ ሥጋ ናይ ፈጣሪ ኣካል ባህርይ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ፍጹም ኣምላኽነት ረኸበ እምበር። ሉቃ 2፡10-14 ዮሓ 1፡14።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
፲፮ ወበከመ ቀዳሚ ኢደለወ አቅሞ ብእሲ እምቅድመ ይትመጠ በእዴሁ ፅቡረ ከማሁ ንዋይሂ ዘማሰነ ኢይደሉ ይትፈጠር ዳግመ ወዳእሙ ይኩን ልብሰ ለፈጣሪሁ።	16 ሠራሒ መሬት ኣቑዲሙ ኣብ ኢዱ ጭቃ ከይኃዝ ክሠርሕ ከምዘይክእል፡ ብፍዳ ተታኒዙ ዝነበረ ባህርይ፡ ዳግማይ ብዘይ ኢድ እግዚኣብሔር ብዘርኢ ተፈጥረ ክብልዎ ኣይግባእን እዩ። ፈጣሪ ምእንቲ ክዋሓዶ ደኣ ብዘይ ዘርኢ ብኢድ እግዚኣብሔር ተወልደ እምበር።
፲፯ ምንተ እብል ወምንተ እነብብ አንሰ አነክር ወእዴመም እስመ ብሉየ መዋዕል ኮነ ሕፃነ ንኡሰ ዘይነብር ዲበ መንበር ልዑል ዘይትሌዐል እምሰማየ ሰማያት ተወድየ ውስተ ጎል ፭ዱ ባሕቲቱ ዘኢይትገሠሥ ዘእንበለ ሥጋ ተገሠ በእደ ምድራውያን ለዘይመትር ማእሠረ ኃጢኣት ጠበለልዎ በአጽርቅት እስመ ዘንተ ፈቀደ ። ሉቃ ፪፡፲-፲፫። ዕብ ፭፡፰። ፯፡፳፭። ማቴ ፱፡፩-፯።	17 እንታይ ክብል፡ እንታይከ ክዛረብ እየ፡ ቅድሚ ዘመን ዝነበረ ንሱ ንእሽቶ ሕፃን ኮይኑ እዩ እሞ ኣነ ፈጺመ እድነቕ ኣሎኹ። ልዕሊ ሰማየ ሰማያት ኣብ ዝኾነ ዘለዓለማዊ ዝፋን ዝነብር ንሱ ኣብ ደምበ ተደርበየ። ቅድሚ ሥጋዌ ዘይድኅሠሥ ዝነበረ ሓደ ንሱ ብኢድ ምድራውያን ተዳኅሠሠ። ኃጢኣት ዘስተሥሪ ንእኡ በጭርቕቲ ጠቕለልዎ። ከመይ ነዚ ስለዝፈተወ እዩ። ሉቃ 2፡10-13። ዕብ 1፡8። 7፡26። ማቴ 9፡1-7።
፲፰ ውእቱሰ ፈቀደ ያፍልሶ ለዘማሰነ ክቡሩ ጎበ ክብር ወለዘጠፍአ ስብሐቲሁ ያለብሶ ስብሐተ ወለቃለ ትእይርት ይክሥቶ በጌራ ትሩፋት ። ዘፍ ፫፡፭-፮። መዝ ፹(፹፱)፡፮። ዕብ ፲፡፯። ዮሐ ፭፡፭-፲፬።	18 ኑቲ ክብሩ ተፈልይዎ ዝነበረ ሥጋ ክቡር ኣምላኽ ኾኽገብሮን፡ ናይ ጸጋ ገዛኢ ስኢኑ ዝነበረ ሥጋ ናይ ባህርይ ገዛኢ ንክገብሮን ፈተወ። ‘ኣዳም ካባና ከም ሓደ ኾነ’ ዝበሎ ውን ሰብ ብምኻን ክገልጾ ፈተወ። ዘፍ 3፡1-24። መዝ 40(39)፡7። ዕብ 1፡7። ዮሓ 1፡1-14።
፲፱ ወበእንተዝ ዝንቱ ቦአ ውስተ ሥጋየ ከመ እትወከፍ አነ ቃሎ ነሥአ ሥጋየ ሎቱ ወወሀበኒ መንፈሶ ወወሀብኩ ወነሣእኩ ወዘገብኩ ሊተ ረባሐ ሕይወት ለሊሁ ነሥአ ሥጋየ ሎቱ ከመ ያንጽሐ ወወሀበኒ መንፈስ ዘያድኅነኒ። ዕብ ፪፡፲፩-፲፰። ዮሐ ፲፡፲፩-፲፰።	19 ስለዚ ሥጋይ ተዋሓደ። ወንጌል ክምህር ከሎ ኣነ ምእንቲ ክሰምየ ሥጋይ ብተዋሕዶ ናቱ ገበረ። መንፈሱ ውን ሃበኒ። ሃብክዎ ኣነ ከኣ ተቐበልኩ፡ ንኣይ ውን ፍጹም ሕይወት ናተይ ገበርኩ። ንሱ ምእንቲ ክኽብሮ ንሥጋይ ተዋሓደ፡ ነቲ ዘድኅነኒ መንፈስ ቅዱስ ውን ሃበኒ። ዕብ 2፡14-18። ዮሓ 10፡11-18።
፳ ወባሕቱ ምንተ እብል ወምንተ እነብብ ናሁ ድንግል ትፀንስ ወኢይበሉ እፎ ትወልድ ከመ ይትነከር ልደቱ እፎ ኮነ ጎበ አይሁድሰ ተፈጸመ ዘተነግረ ጎቤየሙ ወንሕነሂ አመነ ቦቱ በዝክረ ስሙ። ኢሳ ፯፡፲፬።ማቴ ፩፡፲፰-፳፭።	20 ግና እንታይ ክብል እየ፡ እንታይከ ክዛረብ እየ፡ እንሆ ድንግል ክትፀንስ እያ፡ ከመይ ኢላ ክትወልድ ኣይበሉ። ልደቱ ንክድነቕ ከመይ ኮነ፡ ብኣታቶም ብኣይሁድ ዝተነግረ ተፈጸመ። ንሕና ውን ብመጸውዒ ስሙ ኣማኑኤል ምባሉ ብእኡ ኣመና። ኢሳ 7፡14, ማቴ 1፡18-25።
፳፩ ጎበ አይሁድ ተብህለ ከመ ድንግል ትፀንስ ወበጎቤነሰ ኮነ እሙነ እስመ	21 ብኣይሁድ ድንግል ከም ትፀንስ ተነግረ። ብኣና ግና ሓቂ ኾነ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
መጽሐፍሰ ለምኵራብ ወተዐውቆ ለቤተ ክርስቲያን እንታክቲ ነሥአት ሰደፈ ወዛቲ አጥረየት ባሕርየ ምኵራብ አነመት ፀምረ ወቤተ ክርስቲያን ተአጽፈቶ ምኵራብ ወለደቶ ወቤተ ክርስቲያን ተወክፈቶ ምኵራብ ሐፀነቶ ወአልሐቀቶ ወቤተ ክርስቲያን ተእጎዘት ቦቱ ወረብሐቶ።	ትንቢት ንምኵራብ፡ ሃይማኖት ከኣ ንቤተ ክርስቲያን(ምእመናን) ስለዝኾነ፡ እቲኣ ንትንቢት ናታ ገበረት፡ እቲኣ ድማ ንሃይማኖት ናታ ገበረት። ምኵራብ ንምሳሌ ሃበት፡ ቤተ ክርስቲያን ድማ ኣመነትሉ። ምኵራብ ንትንቢት ኣምጽኣት፡ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ተቐበለቶ። ምኵራብ ንትንቢት ብምሳሌ መሃረት፡ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ብሃይማኖት ጸንዓትሉ፡ ዝረብሕን ዝጠቅምን ውን ገበረቶ።
፷፪ ውስተ እንታክቲ ተተክለ ሐረገ ወይን ወበጎቤነሰ ኮነ አስካለ ጽድቅ እንታክቲ አፀረት አስካለ ውስተ ምክያድ ወአሕዛብ ሰትዩ ስቴ ምሥጢር።	22 ኣብኣ ውን ሓረግ ወይኒ (መስቀል) ተተኽለ። ኣባና ግና ፍረ ጽድቂ ተረኽበ። እቲኣ ነቲ ወይኒ ኣብ ዓውዲ ረገጸት፡ ኣሕዛብ ድማ ናይ ምሥጢር መስተ ሰተዩ።
፷፫ እንታክቲ ዘርኦት ጎጠተ ሥርናይ ወአሕዛብ ዓፀድዎ በማዕፀደ ሃይማኖት አሕዛብ አስተጋብኡ ጽጌረዳ በጎሩቱ ወሥኩስ ተርፈ ጎበ አይሁድ ዘውእቱ ሕፀተ ሃይማኖት። መኃ ፪፡፩-፫። ዮሐ ፬፡፴፮-፴፰። ዕብ ፮፡፰	23 እቲኣ ፍረ ሥርናይ ዘርኦት፡ ኣሕዛብ ከኣ ብሃይማኖት ኣኪብዋ። ቡቲ ለውሃቱ ኣሕዛብ ነቲ ጽጌረዳ ኣከቡ (ሃይማኖት ናቶም ገበሩ)፡ እቲ እሾኹ ግና ኣብ ኣይሁድ ተረፈ እዚ ድማ ክሕደት ኑፋቄ እዩ። መኃ 2፡1-3። ዮሓ 4፡36-38። ዕብ 6፡8።
፷፬ ሠረረ ያፍ ንኡስ አብዳን እንዘ ይነብሩ ጎበ ጽላሎቱ አይሁድ ይተ ረጕሙ ክርታሰ ጽሕፈት ወአሕዛብ ይቀስሙ ፍሬሁ ለጽሕፈት። ኢሳ ፷፬፡፲፩-፲፬። ግብ ሐዋ ፲፫፡፵፩-፵፮።	24 እቶም ዓያሹ ተቐሚጦም ከለዉ ንእሽቶ ውፍ ጽላሎቱ ኣውዲቑሎም ከደ። ኣይሁድ ናይቲ መጽሓፍ ጽሕፈት ይትርጕሙ፡ ኣሕዛብ ድማ ነቲ ምሥጢሩ ይርድኡ። ኢሳ 29፡11-14። ግብ ሓዋ 13፡45-48።
፷፭ ናሁ ድንግል ትፀንስ ንግረኒ እስኩ አይሁዳዊ ወዜንወኒ መኑ ዘወለደቶ ድንግል ወአጠይቀኒ ዘከመ አጠየቆ ለሄሮድስ አንተሰ ኢታጠይቀኒዮ ሊተ አላ ነገርኮ ለዝኩ ከመ ይቅትሎ ወለምንትኑ ኢትነግረኒ ሊተ ከመ እስግድ ሎቱ መኑዝ ዘወለደቶ ድንግል ውእቱ እግዚአ ኵሉ ፍጥረት።ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፪፡፩-፲፬።	25 ‘እንሆ ድንግል ክትፀንስ እያ’ በልካ፡ ኣታ ኣይሁዳዊ እስከ ንገረኒ እታ ድንግል ዝወለደቶ ንሱ መን እዩ፡ ንሄሮድስ ከም ዘረዳእካዮ ንኣይ ውን ኣረድኣኒ። ንኣይሲ ኣይትነግረንን ዲኻ፡ ንእኡ ምእንቲ ኽቐትሎ ነገርካዮ ንኣይ ግና ኽሰግደሉ ንምንታይ ዘይትነግረኒ፡ እዛ ድንግል ዝወለደቶ ንሱ መን እዩ፡ ንሱስ ነዚ ኵሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ጐይታ እዩ። ኢሳ 7፡14 ። ማቴ 2፡1-14 ።
፷፮ ወለእመ አርመምከ አንተ እስመ ኵሉ ፍጥረት ይጸርሑ ወኢያረምሙ ተወልደ ወልድ ዘከመ ፈቀደ ለሊሁ ይትወለድ እስመ ውእቱ እግዚአ	26 ንሸኻ ስቅ እንተበልካ ኵሎም ፍጥረት ይዛረቡ፡ ስቅ ውን ኣይብሉን እዮም። ከምቲ ባዕሉ ንክውለድ ዝፈተወ ወልድ ተወልደ። ንኵሉ ፍጥረት ዝፈጠረ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፰፮	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66
ኮሉ ፍጥረት መጽአ መንክረ ልደት ወአያቀ ከመ ለሊሁ ኮነ ሰብአ። ሉቃ ፪፡፰-፳ ። ዮሐ ፲፮፡፳፫።	እዩ እሞ ልደቱ ግሩም ዝኾነ ንሱ ተወልደ፡ ንሱ ባዕሉ ሰብ ከምዝኾነ ኣረድአ። ሉቃ 2፡8-20። ዮሓ 16፡28።
፳፯ ኢተወልደ ከመ ሰብእ እምዘርአ ብእሲ አላ እንዘ አምላክ ኮነ ሰብአ ወሞያ ለፀራዊ በህላዌ ዚአነ ዘይትሌዐል እምኮሉ ሰብሳብ ወደለዎ ለእግዚአ ኮሉ ፍጥረት ይፃእ በልደት ንጽሕት ወቅድስት። ቄላ ፪፡፲፩።	27 ከም ሰብ ብዘርኢ ሰብኣይ ኣይተወልደን። ኣምላኽ ከሎ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ሎሚ ሰብ ኮይኑ ካብ ድንግል ተወልደ። ቡቲ ብዘርኢ ካብ ምውላድ ዝረሓቐ ባህ ርይና ንዲያብሎስ ሰዓሮ። ንኮሉ ዝፈጠረ ጐይታ ብንጽሕትን ፍልይትን ልደት ክውለድ ተገብኦ። ቄላ 2፡14።
፳፰ ወቀዳሚኒ ለሐኮ ለአዳም እምነ ምድር ድንግል ወካዕበ እምነ አዳም እንበለ ብእሲት ፈጠረ ብእሲተ ወበከመ አዳም እንበለ ብእሲት አው ፅአ ብእሲተ ከማሁ ዮም ወለደቶ ድንግል ሰብአ እንበለ ብእሲ። ዘፍ ፪፡፯-፳፬። ገላ ፬፡፬።	28 ቀደም ውን ንኣዳም ካብ ዘይትሓርሰት ድንግል ምድሪ ፈጠሮ። ከምኡ ውን ካብ ኣዳም ብዘይ ኣደ ንሔዋን ፈጠረ። ከምቲ ኣዳም ብዘይ ኣደ ንሔዋን ዘርከበ፡ ከምኡ ድማ ሎሚ ድንግል ንክርስቶስ ብዘይ ኣቦ ወለደቶ። ዘፍ 2፡7-24። ገላ 4፡4።
፳፱ ይቤ ነቢይ በእንቲአሁ እንዘ ውእቱ ሰብእ መኑ ይክል ያእምሮ ወሀሎ ላዕለ ትዝምደ አንስት ዕዳ ለትዝምደ ዕደው እስመ እምአዳም ወፅአት ብእሲት እንበለ ብእሲት ወበእንተ ዝንቱ ወለደት ድንግል ብእሴ እንበለ ዘርአ ብእሲ ከመ ትፍድዮ ለብእሲ ዕዳሃ ለሔዋን ከመ ኢይትመካሕ አዳም በእንተ ዘአውፅአ ብእሲተ ዘእንበለ ብእሲት ወለደት ድንግል ብእሴ ዘእንበለ ብእሲ ከመ በሱታፌ መንክር ይትዐወቅ ዝንቱ ፩ዱ ክብር እንተ ፍጥረት። ፩ቆሮ ፲፩፡፰።	29 ነቢይ ውን በለ፡- ብዛዕባ ርእሱ ሰብ ከሎ መርሚሩ ክፈልጥ ዝኽእል መን እዩ፡ ንሰብኡት ዝኽፈል ዕዳ ኣብ ልዕሊ ኣንስቲ ነበረ። ከመይ ሔዋን ብዘይ ኣደ ካብ ኣዳም ስለዝተረኽበት እዩ። ስለዚ ድማ ድንግል ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ንክርስቶስ ወለደት። እዚ ኸኣ ለቓሕ ሔዋን ንኣዳም ንኽትኸፍሎ እዩ። ኣዳም ቡቲ ንሔዋን ብዘይ ኣደ ከምትርከብ ዝገብሮ ምእንቲ ከይምካሕ፡ ድንግል ብዘይ ኣቦ ንክርስቶስ ወለደት። ቡቲ ግሩም ዝኾነ ሓድነት፡ እዚ ናይ ፍጥረት ሓድነት ንክፍለጥ እዩ። 1ይ ቆሮ 11፡8
፴ ወበከመ አውፅአ ዓፅመ ገቦ እምገቦሁ ለአዳም ወኢሐየ ለአዳም ከማሁ ዓዲ ነሥአ እምድንግል ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወኢተወለጠ ድንግልናሃ ኮነ አዳም ፍጹመ እምድኅረ ፀአተ ዓፅመ ገቦ እምኔሁ ወድንንግልሂ ዓዲ ነበረት እንበለ ሙስና እምድኅረ ፀአተ ሕፃን እምኔሃ። ሕዝ ፶፬፡፩-፫። መኃ ፬፡፲፪።	30 ካብ ጎድኒ ኣዳም ዓፅሚ ጎድኒ ከም ዝወሰደ እሞ ንኣዳም ከኣ ኣካል ከም ዘይጐደሎ ከምኡ ውን ካብ ድንግል ነታ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍስ ዘለዎ ሥጋ ወሰደ። ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለ ወጠን። ካብ ኣዳም ዓፅሚ ጎድኒ ድኅሪ ምውሳዱ ኣካል ከይጐደሎ ፍጹም ኮይኑ ነበረ። ድንግል ውን ሕፃን ክርስቶስ ካብኣ ድኅሪ ምውላዱ ከምኡ ብዘይ ምልዋጥ ብድንግልና ጸኒዓ ነበረት። ሕዝ 44፡1-3። መኃ 4፡12።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፮ ም. ፷፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 66 ም. 67
፴፩ ወበእንተ ዝንቱ ኢፈጠረ ሎቱ መቅደሰ እምካልእ መካን ከመ ይልበሶ ከመ ኢይትሐዝብዎ እስመ ውእቱ አስተጋቀረ ትዝምደ አዳም አስሐቶ ሰይጣን ለሰብእ ወኮነ ሎቱ ንዋየ ወበእንተ ዝንቱ ንዋይ ዘይትሔዘብዎ ከመ ውእቱ ሎቱ ነሥአ እግዚእ ትስብእተ ዘቦቱ ነፍስ ከመ በአስተፃምሮቱ ምስለ ፈጣሪሁ ያግኝሥ እምቅንየተ ዲያብሎስ ። ዘፍ ፫፡፩-፲፭። ራእ ዮሐ ፲፪፡፱። ሮሜ ፭፡፲፬። ዕብ ፪፡፲፮ ።	31 ምእንት'ዚ ንዝወሓዶ ካብ ካልእ ባህርይ ሥጋ ኣይፈጠረን። ንሱ ንባህርየ ኣዳም ነቒፉ ዝኃደጎ ከይመስለኩም። ሰይጣን ንሰብ ኣስሒቱ ነበረ፡ ናቱ ኮይኑ ውን ነበረ። ናቱ ከምዝኾነ ይጥርጥርዎ ንዝነበረ ባህርይ ምእንቲ ከድጎን ጐይታ ንነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ተዋሓደ። እዚ ኽኣ ምስ ፈጣሪኡ ብምውሕሓድ ካብ ግዝኣት ዲያብሎስ ንክፈልዮ እዩ። ዘፍ 3፡1-15። ራእ ዮሓ 12፡9። ሮሜ 5፡14። ዕብ 2፡16።
፴፪ ሶበሰ ወፅአ እምትድምርተ ሰብሳብ ዘከማየ ብዙኃን እምተሐዘብዎ ወእምሐሰውዎ ወይእዜሰ በእንተዝ ተወልደ እምድንግል ወሶበሂ ወለደቶ ዐቀበ ድንግልናሃ ዘእንበለ ርኵስ ከመ በፅንሳ መንክር ትኩን መራሒተ ለሃይማኖት ዐባይ። መዝ ፻፲(፻፱)፡፫። ሚክ ፭፡፪።	32 ብዘርእን ሩካቤን ተወሊዱ እንተ ዝኾውንሲ ብዙኃት ሰባት ፅሩቐ ብእሲ ምበልዎ፡ ንኣምላኽነቱ ውን ምኽሓዱ ነይሮም። ከምዚ ምእንቲ ከይብልዎ ግና ካብ ድንግል ተወልደ። ኣብ ዝወለደትሉ ጊዜ ውን ድንግልናኣ ብዘይ ምልዋጥ ኣጽንዐ። እዚ ኽኣ ቦቲ ግሩም ዝኾነ ፅንሳ ነዚ ጽኑዕ ሃይማኖት መራሒት ንክትኸውን እዩ። መዝ 110(109)፡3 ። ሚክ 5፡2።
፴፫ እስመ ይሴአለኒ መጠዓዊ አው አይሁዳዊ እንዘ ይብል ቦኑ ክርስቶስ ኮነ ሰብአ ዘከመ ኮሉ ፍጥረተ ሰብእ አው ይትሌዐል እምኮሉ ሰብእ አወሥአ እንዘ እብል እወ ውእቱ ይትሌዐል እምኮሉ ፍጥረተ ሰብእ ወእሰብክ እመንገለ ማኅተመ ድንግልናሃ ለንጽሕት እንተ ትከውን ስምዐ ለቃል።	33 መምሸኺ ጣኦት ወይ ኣይሁዳዊ “ብሓቂ ክርስቶስ ከም ኵሉ ሰብ ድዩ፡ ወይሲ ካብ ኵሉ ሰብ ይበልጽ እዩ፡” ኢሉ እንተዝሓተኒ፡ ‘እወ ንሱ ካብ ኵሉ ሰብ ይበልጽ’ ኢለ ይምልሰሉ። ንቃል ምስክር ካብ እትኸውን ካብ ድንግል ብጎቱም ድንግልና ምውላዱ ምስክር ጌረ እዛረብ ኣሎኹ።
፴፬ ዝውእቱ አምላክ መዋዒ ሠራዊሆሙ ለኵሎሙ ፍጡራን ዝውእቱ ለሐኬ ከርሠ እሙ ወዐቃቤ ድንግልናሃ እስመ ውእቱ መጽአ በልደት ዘአልቦ ርኵስ ወለሊሁ ሐነፀ ሎቱ መቅደሰ በዘኢይትነገር በዘፈቀደ አምሳል። ዮሐ ፪፡፳፩።	34 ነዞም ኵሎም ፍጡራን ወሲኑ ገቲኡ ዝነብር ንሱ ንኃጢኣት ንሞት ዝሰዓረ እዩ። ማኅፀን ኣደኡ ዝፈጠረ ድንግልናኣ ውን ዝሓለወ ንሱ እዩ። ዘርኢ ብዘይብሉ ልደት ስለዝተወልደ፡ ንሱ ብዘይምርመር ግብሪ ብዝፈትዎ መልክዕ ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ። ዮሓ 2፡21።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
ምዕራፍ ፷፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 67 ክፍሊ 10**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ዝንቱ ድርሳኑ ሠናየ ይቤ ነቢይ ከመ ውእቱ ይወፅእ እምኔኪ ናሁ ወፅአ እምኔኪ ወቦአ ውስተ ዓለም።	1 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ በዚ ዓንቀጽ''ዚ ከምዚ በለ፡- ጐይታ ካቬኪ ከምዝውለድ ነቢይ ጽቡቕ ነገር ተዛረበ። እንሆ ካቬኪ ተወሊዱ ኣብዚ ዓለምዚ ተራእየ።
፪ ብሉየ መዋዕል ወጽአ እምኔኪ ወኢኮነ ፍጡረ ተወልደ እምኔኪ።	2 ቅድሚ ዘመናት ዝነበረ ንሱ ካቬኪ ተረኽበ ፍጡር ዘይኮነ ንሱ ካቬኪ ተወልደ።
ክፍሊ ፲፩	**ክፍሊ 11**
፫ ወካዕበ ይቤ በተፍጻሜተ ዝንቱ ድርሳኑ ሶበ ተወልደ እምድንግል ዐቀበ ድንግልናሃ እንበለ ሙስና እስመ ቀዳሚኒ ሔዋን ኮነት ድንግለ ወአስሐታ ዲያብሎስ ለማርያምሂ ድንግል አብሠራ ገብርኤል። ዘፍ ፫፡፩-፯። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፰።	3 ደጊሙ ውን ኣብ መወዳእታ ድርሳኑ ከምዚ በለ፡- ካብ ድንግል ኣብ ዝተወልደሉ ጊዜ ድንግልንኣ እንከይለወጠ ሓለወ። ቀደም ውን ሔዋን ድንግል ነበረት ዲያብሎስ ከኣ ኣስሓታ። ንድንግል ማርያም ግና ቅዱስ ገብርኤል ኣብሠራ። ዘፍ 3፡1-7። ሉቃ 1፡26-38።
፬ ወባሕቱ ለሔዋንሰ አስሐታ ዲያብሎስ ወወለደት ቃየልሃ ዘውእቱ ምክንያተ ሞት ወማርያምሰ ሶበ አብሠራ መልአክ ወለደት ቃለ በሥጋ ዘውእቱ መራሔ ኵሉ ኀበ ሕይወት ዘለዓለም። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። 1ይ ጢሞ ፪፡፲፬።	4 እንተኾነ ግና ንሔዋን ዲያብሎስ ኣስሓታ፡ ምክንያት ሞት ዝኾነ ንቃየል ከኣ ወለደት። ንማርያም ግና መልኣኽ ምስ ኣበሠራ፡ ንኵሉ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝመርሕ ኣካላዊ ቃል ብሥጋ ወለደት። ዮሓ 1፡1-14። 1ይ ጢሞ 2፡14 ።
፭ ቃላ ለሔዋን ከሠተ ዕፀ ወበውእቱ ዕፅ ወፅአ አዳም እምገነተ ተድላ ወቃልሰ ዘተወልደ እምድንግል ከሠተ መስቀለ ወቦቱ ቦአ ፈያታዊ ውስተ ገነተ ተድላ ዘምስለ አቡሁ አዳም ወኮሎሙ አበው ቀደምት። ዘፍ ፫፡፳፬። ሉቃ ፳፫፡፵፩-፵፬። ፩ቆሮ ፩፡፲፰።	5 ናይ ሔዋን “ንብላዕ ንብላዕ” ዝብል ቃላ ኑቲ ዕፀ በለስ ምኽንያት ሞት ከምዝኾነ ኣረድኣ። ብምኽንያት እቲ ዕፅ ውን ኣዳም ካብታ ሓጐስን ተድላን ዘለዋ ገነት ወጸ። ካብ ድንግል ዝተወልደ ኣካላዊ ቃል ግና ኑቲ መስቀል ምኽንያት ድኅነት ከምዝኾነ ገለጸ። በዚ መስቀል'ዚ ውን ሽፍታ ዝነበረ ሰብ ምስ ኣቦኡ ኣዳምን ምስቶም ኵሎም ቀዳሞት ኣቦታትን ናብታ ሓጐስ ዘለዋ ገነት ኣተወ። ዘፍ 3፡24, ሉቃ23፡41-44, 1ይ ቆሮ 1፡18።
፮ እስመ ኢኮኑ የአምኑ መጠዓውያን ወአይሁድ ወነገድ እምካህናት ከመ ውእቱ እምእግዚአብሔር ዘእንበለ ዘርእ በእንተ ዝንቱ ወፅአ እግዚአብሔር ቃል በሥጋ ዘኢየሐምም ወዐቀቦ ለሥጋ	6 መምለኽቲ ጣኦትን ኣይሁድን ካብ ወገን ካህናት ዝኾኑን፡- ንሱ ብዘይ ኣደ ካብ **ኣብ** ከምዝተወልደ ኣይኣምኑን ነበሩ። ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ቃል፡ ሕማም ብዝሰማምየ ሥጋ ተወልደ። ድንግልናኣ ከይለወጠ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
ዘየሐምም ከመ ይክሥት ልደቶ እምድንግል እንዘ ኢይትነሰት ድንግልናሃ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭።	ዝተወልዶ ልደት ንክረድእ፡ ኑቲ ሕማም ዝሰማምየ ሥጋ ብዘይ ምልዋጥ ሓለዎ። ማቴ 1፡18-25።
፯ ወከማሁመ ዓዲ ኢሐፀ ወኢተወለጠ መለኮት ቅዱስ እምህላዌ መለኮቱ ወተወልደ አምላክ ዘከመ ይደሉ ለሥላሴ። ሉቃ ፩፡፴፭-፴፰።	7 ከምቲ ድንግልናኣ ዘይተለወጠ፡ እቲ ጽኑዕ መለኮት ውን ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ኣምላኽ ንሰለስትነት ከም ዝግባእ ተወልደ። ሉቃ 1፡35-38።
፰ እስመ እንለ እመሕያው ገደፍዎ ወሠዓሉ ሎሙ ጣዖተ በአምሳለ እንለ እመሕያው ወአምለክዎ ወአቅንዕዎ ለፈጣሪሆሙ ወበእንተ ዝንቱ አስተርአየ ቃለ እግዚአብሔር በአርአያ ሰብእ ከመ ይጥፋእ ወይትረሳእ ሐሰት ወይኩን አምልኮ ሎቱ ለባሕቲቱ ዘሎቱ ስብሐት ወክብር ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም አሜን። ሮሜ ፩፡፳-፳፭። ዘዳግ ፮፡፬። ፴፪፡፲፭-፳፪። ማቴ ፬፡፲።	8 ደቂ ሰባት ንእኡ ገዲፎም፡ ብምስሊ ሰብ ጣዖት ገይሮም እናኣምለኹ፡ ንፈጣሪኦም ውን ኣጎዚኖም ነበሩ። ስለዚ ኸኣ ጣዖት ፈጺሙ ንክጠፍእ፡ ኣምልኾ ውን ንእኡ ጥራይ ንበይኑ ምእንቲ ኽኸውን፡ እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ ሰብ ተገልጸ። ክብርን ጐይትነትን ከሃሊነትን ንዘለዓለም ዓለም ናቱ ዝኾነ ንሱ እዩ፡ ኣሜን። ሮሜ 1፡20-25። ዘዳግ 6፡4። 32፡15-22። ማቴ 4፡10።
ክፍል ፲፪	**ክፍሊ 12**
፱ ወካዕቤ ይቤ ዝንቱ አብ ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ድርሳኑ በ፷ወ፯ቱ በትርጓሜ ቅዱስ ወንጌል ዘዮሐንስ ።	9 ደጊሙ ውን እዚ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ዮሓንስ ንዝጸሓፎ ወንጌል ኣብ ዝተርጐመሉ ጊዜ ኣብ መበል 77ተን ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፲ ወእምድኅረዝ አስተርአዮሙ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ለአርዳኢሁ በብሔረ ጥብርያዶስ ርኢከኑ ይእዜ ከመ ኢኮነ ነቢሆሙ ኮሎ ጊዜ ዘከመ ቀዳሚ እምቅድመ ትንሣኤሁ ኣላ አስተር አዮሙ ጊዜ ምሴት ወተነብአ እምኔሆሙ ወርእይዎ በርኑቅ። ሉቃ ፳፬፡፲፫-፴፪።	10 ብድኅር'ዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ጥብርያዶስ ተራእዮም። ከምቲ ቅድሚ ትንሣኤ ኮሉ ጊዜ ምስኣም ዝነበረ ሕጂ ከምዘይኮነ ርኢኻዶ! ምስ መሰየ ተራእዮም፡ ካብኣቶም ተሠወረ፡ ክፍለዮም ከሎ ኸኣ ፈለጥዎ ደኣ። ሉቃ 24፡13-32።
፲፩ ወእምድኅረ ሰሙን መዋዕል አስተርአዮሙ ዲበ ባሕር በግብር ዐቢይ እስመ ኢክህሉ ይርአይዎ ዘእንበለ ሶበ ተከሥተ ሎሙ በሥጋ ዘኢይትዌለጥ ። ዮሐ ፳፩፡፩-፲፩።	11 ድኅሪ ሽሞንት መዓልቲ ብግሩም ዝኾነ ግብሪ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ እናኸደ ተራእዮም። ብዘይልወጥ ሥጋ ኣብ ዝተገልጸሎም ጊዜ ጥራይ እንተዘይኮይኑ ክርእይዎ ኣይክእሉን ነበሩ።
ክፍል ፲፫።	**ክፍሊ 13**
፲፪ ወካዕበ ይቤ ውስተ መጽሐፈ ተሐሥሦ በትርጓሜ መዝሙር ዘ፸ወ፪	12 ኣብቲ ናይ መርመራ መጽሓፉ ንመበል 46 መዝሙር፡- እግዚኣብሔር ብዓወት

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፶፯

ይቤ ዐርገ እግዚአብሔር በቃለ ቀርነ መዊዕ ወኢይቤ አዕረግዎ አላ ለሊሁ ዐርገ ወኢይፈቀደ መራሔ ፍኖት ቅድሜሁ ዳዕሙ ውእቱ ዐርገ ውእተ ፍኖተ። መዝ ፵፯(፵፮)፡፭። ዮሐ ፫፡፲፫። ኤፌ ፬፡፯-፱።

፲፫ እስመ ከመዝ ኢክህለ ኤልያስ ይዕርግ በዝንቱ መካን ከመ ክርስቶስ ወኢክህለ ህላዌሁ ለኤልያስ ይዕርግ በዝ መካን ነኪር አላ ኃይላት አዕረግዎ ጎበ ተአዘዙ ወቃለ እግዚአብሔር ዋሕድ ለሊሁ ዐርገ በሥልጣኑ እስመ እግዚአ ኃይላት ውእቱ። ፪ነገ ፪፡፩-፲፫። ፩ጴጥ ፫፡፳፪። ፩ጢሞ ፫፡፲፮።

፲፬ ወበእንተዝ ይቤ ሉቃስ ወንጌላዊ በመጽሐፈ ግብር እስመ አርዳኢሁ ያንቀዐድዉ ጎቤሁ እንዘ የዐርግ ሰማየ ወኢይቤ አዕረግዎ ወኢሂ ያርዎ እስመ መካን ጎበ ዐርገ ዘዚአሁ ውእቱ። ግብ ሐዋ ፩፡፱-፲፪።

፲፭ እስመ ማያት ያርዎ መቅድመ ስቅለቱ እንዘ ይለብስ አባለ ገዚፈ ዘየ ሐምም ኢይትዐቀፍ ቦቱ መኑሂ ይእዜ ሶበ ተርእየ እንዘ የዐርግ ሠጢቆ ነፋሰ እስመ ሥጋሁኒ ኢተወለጠ።

ክፍል ፲፩

፲፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ሣልስ ድርሳኑ በትርጓሜ መልእክተ ጳውሎስ ቀዳሚት ጎበ ሰብአ ቆሮንቶስ ።

፲፯ ሞተ እግዚእ ወተቀብረ ወተንሥአ አመ ሣልስት ዕለት ወበእንተዝ ረሰዮ ለዮናስ ዘዚአሁ አምሳለ ወይቤ ወበከመ ነበረ ዮናስ ውስተ ከርሠ አንበሪ ሠሉስ መዋዕለ ወሠሉስ ለያልየ ከማሁ ሀለዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው ይንበር ውስተ ልበ ምድር ሠሉስ መዋዕለ ወሠሉስ ለያልየ።1ይ ቆሮ ፲፭፡፬።ማቴ ፲፪፡፵።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67

ዘለዎ ድምፂ መለኸት ዓረገ፡ ዝብል አብ ዝተርጐመሉ ደጊሙ ከምዚ በለ፡- ባዕሉ ‘ዓረገ’ በለ እምበር መላእኽቲ ኣዕረግዎ ኣይበለን። ቡቲ መገዲ ንሱ ዓረገ ደኣ እምበር ቀቅድሚኡ መራሒ ኣይደለየን። መዝ 47(46)፡5። ዮሓ 3፡13። ኤፌ 4፡7-9።

13 ቡቲ መገድ'ቲ ኤልያስ ከም ክርስቶስ ብከምዚ ኽዓርግ ኣይከኣለን። መላእኽቲ ናብቲ ዝተኣዘዝዎ ቦታ ወሰድዎ ደኣ እምበር ባህርይ ኤልያስ በዚ መገድዚ ክዓርግ ኣይከኣለን። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ግና ንመላእኽቲ ዝፈጠረ ስለዝኾነ ብሥልጣኑ ዓረገ። 2ይ ነገ 2፡1-13። 1ይ ጴጥ 3፡22። 1ይ ጢሞ 3፡16።

14 ስለዚ ድማ ወንጌላዊ ሉቃስ ኣብቲ ግብሪ ሓዋርያት መጽሓፉ፡ ናብ ሰማይ ክዓርግ ከሎ ደቀ መዛሙርቱ ኣንቃዕድዮም ናብኡ ይርእዩ ከምዝነበሩ ተዛረበ። ‘ኣዕረግዎ ኣይበለን ወይ ከኣ ተሸከምዎ’ ኣይበለን። ከመይ እቲ ዝዓርገሉ ቦታ ገንዘቡ እዩ። ግብ ሓዋ 1፡9-12።

15 ቅድሚ ስቓለቱ ሕማም ዝሰማምዖ ግዙፍ ሥጋ ተዋሒዱ ከሎ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ካብ ከደ፡ ሥጋኡ ኣይተለወጠን እሞ ሎሚ ነፋስ ሠንጢቑ ክዓርግ እንተተራእየ ሓደ እኳ ኣይጠራጠረ።

ክፍሊ 14

16 እዚ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ነታ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንቶስ ዝጸሓፋ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ኣብ ዝተርጐመሉ ኣብ ሣልሳይ ድርሳኑ ከምዚ በለ።

17 ጐይታ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ተንሥኣ። ስለዚ ኸኣ ንዮናስ ምሳሌ ገበሮ። ዮናስ ኣብ ከርሢ ዓሣ ኣንበሪ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ከምዝኃደረ፡ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ውን ከምኡ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኣብ ውሽጢ መቓብር ክኃድር እዩ፡ በለ። 1ይ ቆሮ 15፡4። ማቴ 12፡40።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፶፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
፲፮ ወካዕበ ይቤ ወበከመ ከይሲ ዘከነ ያመልክዎ ሰብአ ባቢሎን ሶበ ውኅጠ መብልዐ ዘመጠዎ ሎቱ ነቢይ ተሠጥቀ እማዕከሉ ከማሁ ተሠጥቀ ሞት ሶበ ውኅጠ ሥጋሁ ለእግዚእ ወሶበ ውኅጠ ሥጋሁ ለእግዚእ ወሶበ ውኅጠ ውእተ ሥጋ ቅዱሰ ሠጠቀ ከርሦ ወተንሥአ እሙታን ሕያው። ዳን ፲፪፡፳፪-፳፭። (አብ ግእዝ ተመልከት)	18 ከምኡ ውን፥ ሰብ ባቢሎን የምልኽዎ ዝነበሩ ገበል ነቲ ዳንኤል ዘዳለወሉ መብልዕ ምስ ወኃጠ ኣብ ክልተ ከም ዝተተርተረ፣ ከምኡ ድማ ሞት ነቲ ሥጋ ጐይታ ምስ ወኃጠ ተተርተረ። ነዚ ቅዱስ ሥጋ ምስ ወኃጠ ሰዓሮ። ጐይታ ሕያው ኮይኑ ኽኣ ካብ ሞት ተፈልዩ ተንሥአ። ዳን 12፡22-26።
ክፍል ፲፮	**ክፍል 15**
፲፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ራብዕ ድርሳኑ በትርጓሜ መልእክተ ጳውሎስ ለሰብአ ዕብራውያን ወዘሰ ሕቀ ሐፀ እምነ መላእክት ንሕነ ንፈእዮ ከመ ውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ በእንተ ሕማመ ሞቱ ወስብሐተ ወክብረ ተከለለ ዲበ ርእሱ። መዝ ፰፡፭። ዕብ ፪፡፯ ።	19 እዚ ቅዱስ ኣቦ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ንመልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ዕብራውያን ኣብ ዝተርጕመሉ ራብዓይ ድርሳኑ ደጊሙ ከምዚ በለ፥ “ካብ መላእኽቲ ቁሩብ ንኣሰ” ዝበሎ ብሥልጣኑ ትንሣኤን ዕርገትን ስለ ዘስዓበ፣ ብዛዕባ ሕማምን ሞትን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። መዝ 8፡5። ዕብ 2፡7 ።
ክፍል ፲፯	**ክፍሊ 16**
፳ ወካዕበ ይቤ ውስተ ሣልስ ድርሳኑ በትርጓሜ መልእክተ ጳውሎስ ለሰብአ ኤፌሶን ይቤ ጳውሎስ ዘከመ ግብረ እዘዘ ኃይሉ ዘገበሮ በክርስቶስ ዘአንሥኦ እሙታን። ኤፌ ፩፡፲፱-፳።	20 ደጊሙ ውን ንመልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ኣብ ዝተርጕመሉ ሣልሳይ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ‘ከምቲ ካብ ምዉታን ፈልዩ ኣብ ዝተንሥኦ ክርስቶስ ከም ጽንዓት ሥልጣኑ ዝገበሮ ግብሪ በለ ጳውሎስ።’ ኤፌ 1፡19-20።
፳፩ ትርጓሜሁ ለዝ እስመ በኃይል ዘቦቱ አንሥኦ ለክርስቶስ ሰሐበነ ኀቤሁ ወኢአከሎ ከመ ያንብረነ ኀቤሁ አላ ገብረ ዘይትሌዐል እምዝንቱ ጥቀ እስከ አንበረነ ምስሌሁ በየማኑ ዲበ መንበሩ በሰማያት በከመ ይቤ። ኤፌ ፩፡፳።	21 ናይ'ዚ ትርጓሜ'ዚ ድማ ቤቲ ንክርስቶስ ዝተንሥኣሉ ሥልጣን ብኽብሪ ናብኡ ኣቕረበና ማለት እዩ። ናብኡ ምቕራብ ጥራይ ኣይኣኽሎን፥ ፈጺሙ ካብዚ ዝበልጽ ብምግባር ክሳዕ ምስኡ ኣብ ሰማያት ኣብ ዝፋኑ ብማዕረ ዘንብረና በጽሐ ከምዝበለ። ኤፌ 1፡20
፳፪ ነጽር ቦኑ ነገር ዘይጸንዕ እምዝንቱ እስመ ለሰብእ ምድራዊ ዘአልቦቱ ቃል ፈድፋደ እምነ ዓሣት ወዘከነ ተውኔተ ለአጋንንት መጠነ እስፍንቱ መዐርግ አዕረጎ ወዝንቱ ዓቢይ ለዕበየ ኃይሉ ። ኢሳ ፳፱፡፬።	22 ኣስተውዕል! ካብዚ ዝበልጽ ነገር ኣሎና። ካብ ዓሣ ንላዕሊ ቃሉ ዘይሰምዕ ዝነበረ፣ ንኣጋንንት ውን መሣለቒ ኮይኑ ዝነበረ ነዚ ምድራዊ ሰብ ክሳዕ ክንደይ ዝኣክል መዓርግ ክብ ኣበሎ፡ እዚ ንኣምላኽኑ ዝግባእ ግሩም ክብሪ እዩ። ኢሳ 29፡4።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
፷፫ ነጽር ጎበ አይቴኑ አዕረጎ ወረሰዮ መልዕልተ ኵሉ ፍጥረት እለ ፍጡራን ወመልዕልተ ኵሉ መላእክት ይቤ እመሰ ኪንከ ትፈቅድ መንፈሰ አእምሮ ወክሥተተ ልቡና ለሊከ ለቡ እስፍንቱ መጠን ማዕከለ ህላዌ እግዚአብሔር ወህላዌ ሰብእ ወለዝንቱ ሕፀፅ አዕረጎ ውስተ ክብር ዘኢይክል መኑሂ ተናግሮቶ። ዕብ ፩፡፬።	23 ናበየናይ ሥፍራ ከምዘደየቦ ፍለጥ! ልዕሊ ኵሎም ፍጡራን፡ ልዕሊ ኵሎም መላእኽቲ ገበሮ፡ በለ። ረቂቕ ፍልጠትን ረቂቕ ምሥጢርን ኽገልጸልካ እንተደሊካ፡ ንሰኻ ኣብ መንጎ ባህርይ እግዚኣብሔርን ባህርይ ሰብን ዘሎ ፍልልይ ክንደይ ዝኣክል ምኻኑ ፍለጥ። ነዚ ጕድለትዚ ናብ ሓደ እኳ ክዛረቦ ዘይክእል ክብሪ ኣልዓሎ። ዕብ 1፡4።
፷፬ ኦ ለዝንቱ ህብት ዘኢይትነገር ኢይቤ ላዕለ ባሕቲቱ አላ ይቤ መልዕልተ ኵሉ እስመ እግዚአብሔር ይትሌዐል መልዕልተ ኵሉ ኃይላት እስከ አዕረጎ ለዝንቱ ጎበ ዝኩ መካን ዘውእቱ ዘእምኔነ ዘኮነ ፩ደ ምስለ ቃል አምላክ እስከ አኀለፎ ላዕለ ኵሉ መልዕልተ ኵሉ መላእክት ልዑላን ዘአልቦ መልዕልቲሆሙ ምንትኒ እምነ መዐርግ። ዕብ ፩፡፭።	24 ነዚ ዘይምርመር ክብሪዚ ኣንክሮ ይግባእ! “ናብ ላዕሊ” ጥራሕ ኣይበለን፡ ልዕሊ ኵሉ ደኣ በለ እምበር። ከመይ እግዚኣብሔር ልዕሊ ኵሎም መላእኽቲ እዩ። ምስ ቃል ኣምላኽ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ካባና ዝተረኽበ ነዚ ሥጋ ናብዚ ሥፍራዝ ክሳዕ ምድያብ ኣብጽሖ፤ ብወገን መዓርግ ልዕሊኡም ሓደ እኳ ዘየልቦ ልዕሊ ኵሎም ልዑላን መላእኽቲ ክሳዕ ምጎላፍ ኣብቅያ። ዕብ 1፡6።
፷፭ ወኢያኀለፎ ፩ደ መዐርገ ወፀኤ ወኢቦቱ አላ መልዕልተ ኵሉ መላእክት ልዑላን አኮ ውእቱ ምትሐት ካልእ መዐርግ አላ መልዕልተ ኵሉ መላእክት ወመኳንንት ወጎይላት ወአጋዕዝት ወኵሉ ስም ዘይሰመይ። ዕብ ፩፡፬ ። ፊልጵ ፪፡፱-፲፩።	25 ልዕሊ ኵሎም ልዑላን መላእኽት ደኣ ገበሮ እምበር ሓደ መዓርግ፡ ክልተ መዓርግ፡ ወይ ሠለስተ መዓርግ ጥራይ ኣየጎለፎን። ልዕሊ ኵሎም መላእኽትን መኳንንትን ኃይላትን ጐይቶትን፤ ልዕሊ ኵሉ ዝጽዋዕ ስምን ገበሮ እምበር ኣብ ትሑት መዓርግ ኣየቐመጦን። ዕብ 1፡4። ፊልጵ 2፡9-11።
፷፮ እወ ወለእመኒቦ ሚመታት ልዑላን በውስተ ሰማይ እስመ ውእቱ ተለዐለ እምነ ኵሎሙ ዘንተ ንብል በእንተ ዘውእቱ እምኔነ ዝንቱ ዘአንሥአ እግዚአብሔር እሙታን ዝንቱ ዘውእቱ ፩ዱ ምስለ እግዚአብሔር ቃል በህላዌ ወበአካል ወዝንቱ ግብር ይትነከር ፈድፋደ።	26 እወ! ኣብ ሰማያት ዝተፈላለዩ መዓርጋት እኳ እንተለዉ፡ ንሱ ልዕሊ ኵሉ ኮይኑ እዩ'ሞ እዚ ቦቲ ካባና ዝተረኽበ ባህርይ ምኻኑ ነዚ ንዛረብ ኣሎና። እግዚኣብሔር ካብ ምዉታን ፈልዩ ዘተንሥኣ ነዚ እዩ። ብባህርይ ብኣካል ምስ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ዝኾነ እዚ እዩ። እዚ ተዋሕዶ እዚ ፈጺሙ ዘደንቕ እዩ።
፷፯ ወአኮ መንክር እስመ እግዚአብሔር ቃል ይነብር መልዕልተ ኵሉ መላእክት ሰማያውያን እስመ ዘከመ ይንእስ ጸፀት ቅድመ እጓለ እመሕያው ከማሁ ኵሎሙ ፍጡራን በቅድመ እግዚአብሔር እመሰ ኵሉ	27 ግና እዚ ዘገርም ኣይኮነን፡ ከመይ እግዚኣብሔር ቃል ልዕሊ ኵሎም ኣብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ እዩ። ከምቲ ቃርማ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዝንእስ፡ ኵሎም ፍጡራን ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከምኡ እዮም። ኣብ ቅድሚ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፰፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
ሰብእ ይትኄለቍ ከመ ነጠብጣብ በቅድመ እግዚአብሔር በከመ ይቤ ነቢይ ወከመ ለጽሊጸ መዳልው አእ ምር እስመ ኵሉ ኃይላት እለ ኢያስተርእዩ ከመ ጸፁት በቅድሜሁ። ኢሳ ፵፥፲፪-፲፯።	እግዚአብሔር ነቢይ ከምዝበሎ ኵሉ ሰብ ከም ነጥቢ ማይ (ኣውሊ)፡ ከም መቐንዒ ሚዛን እንተኾይኑ፡ እቶም ዘይረኣዩ ኵሎም መላእኽቲ ብእኡ ከም ቃርማ ከም ጸጸ ከምዝኾኑ ፍለጥ። ኢሳ 40፡12-17።
፸፰ ወባሕቱ ለዘውእቱ እምኔነ ዐቢይ ውእቱ ዝንቱ እምነ መጠኑ እንዘ መትሕተ ኵሉ አዕረጎ መልዕልተ እሉ ኵሎሙ እለ መልዕልተ ሰማያት እመሰ ኵሎሙ አሕዛብ ከመ ነጥብ እፎኑ ውእቱ ፩ዱ ብእሲ ወአይ ክፍል ውእቱ እምነ ነጥብ።	28 እንተኾነ ግና እዚ ክብሪ'ዚ ኑቲ ካባና ዝተረኽበ ባህርይ፡ ልዕሊ ዓቕሙ ክብ ዝበለ እዩ። ትሕቲ ኵሎም ከሎ፡ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ሰማያት ዘለዉ ልዕሊኦም ኣደይብዎ እዩ እሞ፡ ኵሎም ኣሕዛብ ከም ነጥቢ እንተኾይኖም ሓደ ሰብ ከመይ ኮን ይኸውን፡ ካብ ነጥቢኽ ክንደይ ዝኣክል ክፍሊ ይኸውን፡
፸፱ ይትፈፀሙ ዐላውያን ወኢያንውሩ ነገርየ ሶበ እቤ ከመ ውእቱ ፩ዱ ብእሲ አንሰ ኢይቤ ከመ ውእቱ ብእሲ እቱት ባሕቲቱ በአካሉ ወኢውእቱ ፍሉጥ እምእግዚአብሔር ቃል ከመ ይኩን ፪ተ ወልደ አምላክ ወወልደ ሰብእ።	29 መናፍቓን መልሲ ይስኣኡ፡ ሓደ ሰብ ከም ዝኾነ እንተ ተዛረብኩ ውን ነዚ ዘረባይ ኣይንቀፉ። ኣነ ግና፡ ንበይኑ ብኣካሉ ተፈልዩ ዘሎ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኾነን ወዲ ኣምላኽ ወዲ ሰብ ተባሂሉ ክልተ ንክኸውን ካብ እግዚአብሔር ቃል ዝተፈልየ ከምዝኾነን ኣይተዛረብኩን።
፹ ወባሕቱ እከሥት ግብረ እስመ እግዚአብሔር ቃል ነሥአ እምህላዌነ ፍጹመ ትስብእተ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ዘፍጹም በአካሉ ወቦቱ ተዋሐደ ቃል ወበእንተ ዝንቱ ንብል ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ።	30 ብኣንጻሩ ደኣ ተዋሕዶ ኣረድእ ኣሎኹ። እግዚአብሔር ቃል፡ ብኣካሉ ፍጹም ዝኾነ ነፍሲ፡ ፍልጠት ዘለዎ ሥጋ ካብ ባህርይና ወሰደ። ንእኡ ውን ተዋሓደ። ስለዚ ድማ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ፡ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና።
፹፩ ወዳእሙ እመሂ ንቤ እስመ ፩ዱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ዓዲመ ንሕነ ነአምር ጽምረቶ ምስለ ቃል ለዘውእቱ እምኔነ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር እንበለ ፍልጠት ወበከመ ኢያፍለሰ ሥጋ ህላዌሁ ለመለኮት ከማሁ መለኮትሂ ኢያፍለሰ ህላዌሁ ለሥጋ ውእቱ ወልድ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ። ሮሜ ፩፥፫።	31 ሓቕና ወዲ እግዚአብሔር ሓደ ከምዝኾነ እኳ እንተተዛረብና፡ ንሕና ካብ ባህርይና ዝተረኽበ ሥጋ ብዘይምፍላይ ብዘይምርመር ተዋሕዶ ምስ ቃል ሓደ ምኻኑ ንፈልጥ ኢና። ከምቲ ሥጋ ንባህርየ መለኮት ዘይለወጠ፡ መለኮት ውን ከምኡ ንባህርየ ሥጋ ኣይለወጠን። ንሱ ወልድ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ሮሜ 1፡3።
፹፪ ወበእንተ ዝንቱ ናነክር ከመዝ ሶበ ንሰምዕ ከመ እግዚአብሔር አንበሮ ለባሕቲቱ ለዘውእቱ እምኔነ ላዕለ	32 ስለዚ ኽኣ ኑቲ ካብ ባህሪና ዝተረኽበ ሥጋ ጥራይ፡ ልዕሊ ኵሎም መላእኽቲ ብማዕርነት ከምዘቐመጠ ምስ ሰማዕና ነድንቕ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፯	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67
ኵሎሙ መላእክት ዝንቱ ዘረሰዮ እግዚአብሔር መልዕልተ ኵሉ ኃይላት ሰማያውያን።	እግዚአብሔር ልዕሊ ኵሎም አብ ሰማይ ዘለዉ መላእክቲ ዝገበሮ ነዚ እዩ።
፴፫ ይቤ ወእምኵሉ ስም ዘይሰመይ አኮ በዝ ዓለም ባሕቲቱ አላ በዘይመጽእኒ ዓለም እስመ ቦሙ ስም ለኃይላት እለ ኢነአምሮሙ ወኢንጠይቆሙ። ዮሐ ፩፡፶፩-፶፪። ዕብ ፩፡፬።	33 ‘ልዕሊ ኵሉ ዝጽዋዕ ስም ገበሮ፡’ በል። ኣብዚ ዓለም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ዝመጽእ ዓለም ውን እዩ። ንመላእኽቲ ዘይንፈልጦን ዘይንርድኦን ስም ኣለዎም። ዮሓ 1፡51-52 ። ዕብ 1፡4 ።
፴፬ ይቤ ወኵሉ አግረረ ሎቱ ታሕተ እገሪሁ ወኢረሰዮ ከመዝ መልዕ ልቴሆሙ ባሕቲቱ ከመ ዘያከብሮ ወባሕቲቱ እመሰ ይደሉ አስተማስሎቱ ይመስል እግዚአ ላዕለ አግብርቲሁ ። መዝ ፰፡፮። ዕብ ፪፡፯።	34 ‘ንኵሉ ኣብ ትሕቲ እግሩ ኣግዘኣሉ፡’ በለ። ከም ዘኽብሮ ጥራይ ጌሩ ከምዚ ልዕሊኡም ኣይገበሮንን። ዘይግባእን እኳ እንተኾነ፡ ክምሰል እንተ ኾይኑ ግና ልዕሊ ኣገልገልቲ ዘሎ ጐይታ ይመስል። መዝ 8፡6። ዕብ 2፡7።
፴፭ ሚመጠን ዝንቱ ፍርሃት ዓቢይ ዘዝንቱ ግብር እስመ ኵሉ ኃይላተ ሰማይ ኮንዎ አግብርተ ለዘውእቱ እምኔነ በእንተ ዘኮነ ፩ደ ምስሌሁ እግዚአብሔር ቃል።መዝ ፺፮(፺፭)፡፯። ዕብ ፩፡፮።	35 ናይ'ዚ ተዋሕዶ እዚ ክትምርምሮ ክንደይ የፍርህ! እግዚኣብሔር ቃል ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ፥ ነዚ ካባና ዝተረኽበ ሥጋ፡ መላእኽቲ ግዙኣት ኮይኖ ምዎ እዮም። መዝ 97(96)፡7። ዕብ 1፡6።
፴፮ እግዚአብሔር ከሀሊ ወይክል ይንሣእ ፩ደ ዘየዐቢ እምኵሉ ኃይላት ወዳእሙ ኢይራስዮሙ ይትአዘዙ ሎቱ ከመ አግብርት አላ ያከብርዎ በእንተ ትሩፋት። ይሁ ፩፡፱።	36 እግዚኣብሔርሲ ኵሉ ክገብር ዝኽእል እዩ። ንሓደ ልዕሊ ኵሎም መላእኽቲ ጌሩ ክሸይም ዝከኣሎ እዩ። እንተኾነ ግና በቲ ትሩፋቱ ዝኽብርዎ ደኣ እምበር ከም ባሮት ክእዘዝዎ ኣይገብርን እዩ። ይሁ 1፡9።
፴፯ ወአኮ በዝየ ዘከመዝ አላ ረሰዮ ኵሎ ይግእይ ሎቱ ታሕተ እገሪሁ ወኢረሰዮሙ ይግእዩ ሎቱ ከመዝ ክመ አላ ግናይ ዘአልቦ ካልእ ዘከማሁ። ዕብ ፫፡፮። ሉቃ ፪፡፲፬። ራእ ዮሐ ፭፡፭-፲፬።	37 በዚ ናይ ሥጋ ኣምላኽነት ግና ከምዚ ኣይኮነን። ኵሉ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ከም ዝግዝኣሉ ገበረ እምበር። ከምኡ ዝበለ ካልእ ተመሳሳሊ ዘይብሉ ኣገዛዝኣ እዩ እምበር፥ ከምቲ መላእኽቲ ንሓለቓኣም ዝግ ዝእዎ ዝበለ ኣገዛዝኣ ፈጺሙ ኣይኮነን። ዕብ 3፡6, ሉቃ 2፡14, ራእ ዮሓ 5፡8-14።
፴፰ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ኵሎ አግረረ ሎቱ ታሕተ እገሪሁ ወኪያሁ ረሰየ ርእሰ ለቤተ ክርስቲያን ፊድፋደ እምነ ኵሎሙ ዘውእቱ ሥጋሁ ፍጻሜሁ ለኵሉ ፍጹም። ኤፌ ፩፡፲፱-፳፫።	38 ስለዚ ድማ በለ፥ ንኵሉ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ኣግዝኣሉ፡ ንእኡ ውን ካብ ኵሉ ዝበልጽ ገዛኢ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ገበሮ። እዚ ኸኣ እቲ ብሥራሕ ፍጹም ዝኾነ፡ ኵሉ ብኽብሪ ፍጹም ዝገበሮ ሥጋኡ እዩ። ኤፌ 1፡19-23።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፯ ፥ ም. ፷፰	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 67 ፥ ም. 68
፴፱ ነጽር ኀበ አይ መካን አዕረጋ ለቤተ ክርስቲያን ዘከመ ይእቲ ኮለንታሁ ሰሐባ በጥበብ እምሉዓሌ።	39 ንሳ ኣካሉ ከም ምሻና መጠን ንቤተ ክርስቲያን (ምእመናን) ኣበየናይ ቦታ ክብ ከምዘበላ ፍለጥ! ካብ ልዕልና ብጥበብ (ብወልድ) ናብኡ ኣቕረባ።
፵ ወከምዝ አዕረጋ ኀበ ልዕልና ዓቢይ ወለዝንቱ ዘውእቱ እምኔነ አንበሮ ዲበ ዝንቱ መንበር ወለነሂ ዓዲ ለቤተ ክርስቲያን ሰሐበነ እግዚአብሔር ኀቤሁ በከዊኖቱ ርእሰ ዚአነ እስመ ውስተ መካን ኀበ ሀሎ ርእስ ህየ ይሄሉ ሥጋ።	40 ከምኡ ውን ናብ ፍጹም ክብሪ ኣልዓላ። ነቲ ካባና ዝተረክበ ሥጋ ከኣ ኣብ ዝፋን ኣምላኽነቱ ኣቕመጠ። ንኣናን ንቤተ ክርስቲያን ድማ ገዛኢና ብምሻኑ ናብኡ ኣቕረበና። ከመይ ኣብቲ ርእሲ ዘለዎ ኣብኡ ሕዋሳት ኣለዉ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፷፰ ክፍል ፲፪	**ምዕራፍ 68 ክፍሊ 12**
፩ ወካዕበ ይቤ በውስተ ዝንቱ ድርሳን ኢትፈእዩኑ ከመ በውስተ ሥጋነ አባል ዘይተርፍ ወኢንፈቅዶ ቦኑ ንመትሮ ወንገድፎ እምኔነ ከመ ዘኢይበቍዕ እስመ አባለ ሥጋነ ውእቱ ።	1 ደጊሙ ውን ኣብዚ ድርሳንዚ ከምዚ በለ፦ ኣብ ሥጋና ዘይንደልዮ ትርፊ ኣካል (ትርፊ ኣዒብዕ) ከምዘሎዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ ኣካልና እዩ እሞ ብሓቂዶ ከምዘይጠቕም ካባና ቈሪጽና ንድርብዮ ኢና፡
፪ ወሶበሰ የአኪ አው ይፀይዕ አው የዐፂ ይማስን በካልእ ደዌ ኢነኀድኅ እንከ በእንተ ከዊኖቱ አባለ ሥጋነ እመሰ ሥጋነ ኢይምሕክ አባለ ዚአሁ ለእመ ኢረከበ ቦቱ በቀዳሜተ እፎመ ኢይረክቦሙ ሕማም ለእለ እሙንቱ ድሙራን በጸጋ ምስለ ዝኩ ለእመ ኢኮኑ ጥዑያነ።	2 እንተኾነ ግና እንተሓመመ፡ ሽቲቱ እንተ ሓሸሸ፡ ናብ ካልእ ሕማም እንተ ተለወጠ፥ ኣካልና ብምሻኑ ከምኡ ኢሉ ኣይንኃድጎን ኢና። ከምቲ ኣካልና ነቲ ዘይጠቕሞ ኣካሉ ዘይምሕር ካብ ኮነ፥ ንሱ ሥጋኡን ደሙን ውልድነትን ብምሃብ፡ ንሳቶም ድማ ብምቕባል ምስ እዚ ሥጋዚ ሓደ ዝኾኑ ሰባት ደኣ ካብ ክሕደትን ኃጢኣትን እንተ ዘይተፈልዮም ከመይ ፍርዲ ኣይረክቦምን!
ክፍል ፲፭	**ክፍሊ 18**
፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ድርሳን እምትርጓሜ ወንጌለ ማቴዎስ።	3 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ወንጌል ማቴዎስ ኣብ ዝተርጕመሉ ግልሳይ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፬ ለሊሁ ይበውእ ዝየ ኮሎ አሚረ ከመ ይርአይ እለ ይረፍቁ ወለዘሰ ይረክብ አልባሲሁ ርሱሐ ያወፅኦ ግብሮ እንዘ ይብል ዐርክየ ለምንትኑ ቦእከ ዘኢለበስከ ልብሰ መርዓ ኢይቤሎ ለምንትኑ ነበርከ አላ ለምንትኑ ቦእከ ውእቱሰ እምቅድመ ነቢር ይከሥት ከመ ውእቱ ኢኮነ ድልወ ለበዊእ ። ማቴ ፳፪፥፲፩-፲፫።	4 ነቶም ብወንጌል ዝኣመኑ ንክምርምር ንሱ ኮሉ ሳዕ ይመጽእ እዩ። ነቲ ክዳኑ ረሲሑ ዝረኸቦ ውን ‘ኣታ ፈታውየይ! ክዳን መርዓ ከይተኸደንካ ናብዚ ንምንታይ ኣተኻ፡’ ኢሉ ንሥራሑ ሓተቶ። ‘ንምንታይ ተቐመጥካ (ኮፍ በልካ) ኣይበሎን፡ ንምን ታይ ኣኾኻ ደኣ በሎ እምበር። እዚ ኸኣ ንሱ ቅድሚ ምቕማጡ ንክኣቱ ብቐዕ ከም ዘይኮነ እዩ ዘረድእ። ማቴ 22፡11-13።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፰	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
ክፍል ፲፱	**ክፍሊ 19**
፭ ወካዕበ ይቤ በውስተ ዝንቱ ድርሳን እመልእክተ ጳውሎስ ለሰብአ ኤፌሶን ወበእንተ ዝንቱ አነሂ ሰሚዕየ ሃይማኖተክሙ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወአፍቅሮተክሙ ኵሎሙ ቅዱሳነ ኢያንተጉ አእኵቶ ለእግዚአብሔር በእንቲአክሙ ወእዜከረክሙ በጸሎትየ። ኤፌ ፩፡፩፭-፲፮	5 ደጊሙ ውን ንመልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ኣብ ዝተርጕመሉ በዚ ድርሳን'ዚ ከምዚ በለ÷ ስለዚ ኸኣ ብጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማንኩም ን ኸኵሉም ምእመናን ምፍታውኩምን ሰሚዐ፡ ምእንታኻትኩም ንእግዚኣብሔር ካብ ምምስጋን ኣየብኰርኩን፡ ኣብቲ ጸሎተይ ውን እዝክረኩም እየ። ኤፌ 1፡15-17።
፮ ብዙኅ ውእቱ ምሕረቱ ለሐዋርያ ሱታፌሁ ወፍቅሩ ዓቢይ ለኵሉ እንዘ ይጼሊ ለብዙኃን እለ ኢይትኄለቁ መዓልተ ወሌሊተ ወየአኵቶ ለእግዚአብሔር በእንቲአሆሙ ዘከመ ጸሐፈ ለኵሉ ውስተ ኵሉ መልእክታቲሁ እንዘ ይብል አንሰ አአኵቶ ለአምላኪየ ዘልፈ በእንተ ኵሎሙ ወእዜከረክሙ በጸሎትየ ። ሮሜ ፩፡፰-፲፪።	6 ናይ ሓዋርያ፡- ንለውሃቱ፡ ብፍቕሪ ሓደ ምኻኑን ኸኵሉ ዓቢይ ምፍታዉን ብዙኅ እዩ። ነቶም ቀጽሪ ዘይብሎም ብዙኃት ሰባት መዓልትን ለይትን ክጽሊ፡ ምእንታ አም ውን ንእግዚኣብሔር ከመስግን። ኣብ ኵሉ መልእኽቱ÷ ኣነስ ንፈጣርየይ ኵሉ ጊዜ ምእንታኻትኩም አመስግኖ ኣሎኹ፡ ኣብ ጸሎተይ ውን እዝክረኩም እየ÷ እናበለ ንኵሉ ከምዝጸሓፈ።ሮሜ 1፡8-12።
፯ ለቡ ይእዜ ኵሎ ሕሊናሁ እስመ ዝፃማ ብዙኅ ውእቱ ከመ ይዝክር ፩ደ ፩ደ በጸሎቱ እስከ ኪያክሙሂ እለ ትገብሩ ምስሌሁ ብዙኅ ሠናያተ።	7 ንኵሉ ምዝካሩ ፍለጥ! ከመይ÷ ነቶም ክሳዕ ምስኡ ትሩፋት እትገብሩ ንኣኻትኩም ምዝካር፡ ንነፍስ ወከፍ ኣብ ጸሎቱ ኽዝክር እዚ ከቢድ ድኻም እዩ።
፰ ይቤ በእንተ ዝንቱ አነሂ ሰሚዕየ ሃይማኖተክሙ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወይብል ዘንተ በእንተ ዘይመጽእ ዓለም ወሠናያት ዘድልዉ ውስቴቱ ለእለ የአምኑ በርትዕት ሃይማኖት ወየሐይዉ ሕይወተ ርቱዐ። ሮሜ ፰፡፳፩-፳፮። ፩ጴጥ ፩፡፬።	8 ምእንት'ዚ ድማ÷ ‘ኣነ ብጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማንኩም ሰሚዐ’ በለ። ብዛዕባ እትመጽእ ዓለም ብጽንዕቲ ሃይማኖት ንዝኣምኑን ሠናይ ናብራ ንዝነብሩን ብዛዕባ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ተዳልዩ ዘሎ ክብሪ፡ ነዚ ተዛረበ። ሮሜ 8፡21-26። 1ይ ጴጥ 1፡4።
፱ ይቤ ይደሉ ናእኵቶ ለእግዚአብሔር በእንተ ኵሉ ዘድልው ኀቤሁ ለትዝምደ እኁለ እመሕያው እምቀዳሚ እስከ ደኃሪ ወይደሉ ከመ ናእኵቶ በእንተ ሃይማኖቶሙ ለምእመናን ይብል ወሰሚዕየ ሃይማኖተክሙ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወአፍቅሮተክሙ ኵሎ ቅዱሳነ ውእቱሰ በኵሉ ገጸ መካን ያበጽሕ ወያስተላጽቅ ሃይማኖተ	9 ብዛዕባ እቲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳዕ ፍጻሜ ካብኡ ንሰብ ተዳልዩ ዘሎ ኽብሪ ንእግዚኣብሔር ከነመስግኖ ይግባእ። ብዛዕባ ሃይማኖት ምእመናን ውን ከነመስግኖ ይግባእ በለ። ‘ብጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማንኩምን ንኵሉም ምእመናን ምፍታውኩምን ሰሚዐ’ በለ። ንሱስ ኣብ ኵሉ ቦታ ብከምዚ ዝበለ መገድን፡ ቡቲ ረቂቕ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ እትሠርሕ ፍቕርን

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፷	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
ምስለ ፍቅር በመንፈስ መድምም በዘከመዝ ገጸ መካን። ፩ቆሮ ፲፫፥፲፫።	ምስ ሃይማኖት ሓደ ጌሩ ይምህር። 1ይ ቆሮ 13፡13።
፲ ይቤ ወአፍቅሮተክሙ ኵሉ ቅዱሳን አኮ ለእለ ይነብሩ ምስሌሁ ባሕቲቱ አላ ለኵሉ ይቤ ኢያንተጉ አእኵቶቶ በእንቲአክሙ ወእዜከረክሙ በጸሎትየ ከመ አምላኩ ለእግዚእነ ኢየሱስ አበ ስብሐት የሀብክሙ መንፈሰ ጥበብ። ኤፌ ፩፥፲፮-፲፰።	10 ‘ንኵሉሙ ምእመናን ምፍታውኩም’ በለ። ነቶም ምስኡ ኣብ ኤፌሶን ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነስ ንኵሉም እቶም ሃይማኖት ዝመስልዎም ውን ከምኡ በለ እምበር። ‘ምእንታኹም ንእግዚኣብሔር ካብ ምምስ ጋን ኣየብኰርኩን’ በለ።‘ናይ ክብሪ በዓል ቤት ገቮነ ኣምላኹ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚኣብሔር **አብ**፡ ፍልጠት ንገሸውን ሃብቲ ኀኽሀበኩም ኣብ ጸሎተይ እዝክረኩም እየ፡’ በለ። ኤፌ 1፡16-18።
፲፩ ናሁ ውእቱ ሰመዮ ለአብ አምላኩ ለክርስቶስ ቦኑ የሐፅፅ ክርስቶስ ወልድ ስብሐተ እምአቡሁ ሐሰ ወአልቦ መኑሂ ወልድ ስብሐተ እምአቡሁ ሐሰ ወአልቦ መኑሂ ዕቡድ ዘይትሀበል ዘንተ አኮኑ ይብል መጽሐፍ ወርኢነ ስብሐቲሁ ከመ ስብሐተ ፩ዱ ወልድ ዋሕድ ለአቡሁ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፲፬፡፳-፲፩። ፩ቆሮ ፲፭፡፫።	11 እንሆ ንሱ ጳውሎስ፥ ንኣብ ‘ኣምላኹ ንክርስቶስ’ በሎ። ብሓቂ ወልድ ክርስቶስ ብኽብሪ ካብ አቦኡ ዝንእስ ኮይኑዶ እዩ፡ ካብ **አብ** ኣይንእስን እዩ። ደፊሩ ከምዚ ዝዛረብ ሓደ እኳ ዓሻ የልቦን። መጽሓፍ ውን ‘ንአቦኡ ሓደ ወዲ ብምኻኑ፡ ከምቲ ኣብ አቦኡ ዘሎ ኽብሪ ናቱ ክብሪ ርኣና ዝበሎዶ ኣይኮነን፡’ ዮሓ 1፡14። 14፡8-11። 1ይ ቆሮ 12፡3።
፲፪ ወባሕቱ ውእቱሰ አያቀ በዝንቱ እስመ ክርስቶስ ኮነ ዘበአማን ሰብአ ከማሁ ዓዲ ሶበ ተንሥአ ከሠተ ትሥጉቶ ዘነሥአ እምዝንቱ ፩ዱ ልሕኵት ወእምቅድመ ዕርገቱ ኀበ አብ ዘኢተፈልጠ እምኔሁ ግሙራ ይቤ ለአርዳኢሁ አምላኪየ አምላክክሙ ከመ ሶበ ሰምዑ ዘንተ ኢየሐልዩ እስመ ትስብእት ባሕቲቱ ተናገረ ዘንተ ዳእሙ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ አኀዘ ወይቤ አዐርግ ኀበ አቡየ ወእምድኅረዝ ይቤ አምላኪየ ። ዮሐ ፳፡፲፯።	12 ነገር ግን በዚ ንሱ ክርስቶስ ብሓቂ ሰብ ከምዝኾነ ኣረድኣ። ከምኡ ድማ ምስ ተንሥአ፡ ካብዚ ባህርይ ኣዳም ሰብ ምኻኑ ኣረድኣ። ፈጺሙ ካብኡ ናብ ዘይተፈልየ ናብ **አብ** ቅድሚ ምዕራጉ ንደቀ መዛሙርቱ፥ ‘ኣምላኽይ ኣምላኽኩም’ በለ። እዚ ምስ ሰምዑ፡ ነዚ ዝተዛረበ ሥጋ ጥራይ ምእንቲ ከይመስሎም ሰብ ዝኾነ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ኣቑዲሙ ‘አቦይ’ ኢሉ ብድኅርዚ ‘ኣምላኽይ’ በለ። ዮሓ 20፡17።
፲፫ ይብል እስመ አነ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ወአነ ፩ዱ ውእቱ አነ እብል ዘንተ ወዝክተሂ እስመ ተወከፍኩ ኵሎ ዘእንለ እመሕያው ዘአልቦቱ ኃጢአት ይብል አንሰ ነሣእኩ	13 ኣነ ሰብ ዝኾንኩ ኣምላኽ እየ፡ ኣነ ሓደ እየ፡ እዝን እትን ኣነ እብል ኣሎኹ፥ ይብል። ባህርይ ሰብ ናተይ ጌረ ኣሎኹ እሞ፡ ኃጢኣት ዘይብሉ ንሱ፡- ‘ኣነ ነፍስን ሥጋን ብሓቂ ተዋሒደ ኣሎኹ እሞ ምሳይ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፷	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
ዘበአማን ትስብእተ ወከመዝ ጸዋዕኮ ለአቡየ አምላኪየ ዘከመ ይደሉ ለሥርዓተ ትስብእት ዘረሰይክዎ ፭ደ ምስሌየ።	ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝገበርክዎ ንሥርዓት ሥጋ ከምዝግባእ ከምዚ ኢለ ንኣቦይ 'ኣምላኸየ' ኢለ ጸዋዕክዎ÷' ይብል።
፲፬ ወበእንተ ዝንቱሂ ፭ዱ ሥርዓት ይቤ ሐዋርያ አምላኩ ወበዝንቱሂ ዓዲ አኀዘ ይስምዮ እግዚአ ወይቤ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይብል ከመ ውእቱ እግዚእ ወሰብእ ኀቡረ ይቤ አበ ስብሐት ሰመዮ ለጸጋ ዓቢይ ዘወሀበነ እግዚአብሔር ስብሐተ ከማሁ ሶበ ይብልሂ አበ ምሕረት ወእግዚአ ኵሉ ብዕል ያኤምር ኀበ ብዝኀ ምሕረታቲሁ ከሠተ ለነ እግዚአብሔር በዝ መካን ከመዝ። ፪ቆሮ ፩፡፫።	14 እቲ ሓዋርያ÷ በዚ ሓደ ሥርዓት'ዚ 'ኣምላኹ'በለ። በዚ ሥርዓት'ዚ ውን 'ጐይታ'ክብሎ ጀመረ÷ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በለ። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ምኻኑ ክነግር እዩ። 'ናይ ክብሪ በዓል ቤት' በለ÷ ኑቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ጸጋ (ክብሪ) 'ስብሓት' በሎ። ከምኡ ድማ ኣቦ ምሕረትን ናይ ፍጹም ክብሪ በዓል ቤትን ኣብ ዝበለሉ ጊዜ÷ እግዚኣብሔር ንኣና ዝገበረልና ብዝኀ ለውሃቱ ኣብዚ ክፍል'ዚ ብከምዚ ኣረድኣና። 2ይ ቆሮ 1፡3።
ክፍል ፷	**ክፍሊ 20**
፲፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ራብዕ ድርሳን እምትርጓሜ ዛቲ መልእክት እንተ ጸሐፈ ጳውሎስ ለሰብአ ኤፌሶን ሶበ ትሰምዑ ቃለ ዘይብል ከመ እግዚአብሔር አንሥኦ ለክርስቶስ ኢተሐልዩ ከመ ውእቱ ይብል ዘንተ በእንተ ቃል አላ ይቤ በእንተ ሥጋ ዚአነ ውእቱ ፭ዱ ምስለ ቃል እስመ ክርስቶስ ውእቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ኀቡረ ወበሥጋ ዚአነ ዘነሥኦ አንሥኦነ እሙነ ወአንበረነ ምስሌሁ በየማኑ ።	15 ደጊሙ ውን እዚ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ንመልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ኣብ ዝተርጕመሉ ራብዓይ ድርሳኡ ከምዚ በለ÷ ኑቲ እግዚኣብሔር ንክርስቶስ ከም ዘተንሥኦ ዝተዛረቦ ቃል ምስ ትሰምዑ÷ ንሱ ብዛዕባ ቃል ከም ዝበሎ ጌርኩም ኣይትሕሰቡ። ምስ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ ስለ ሥጋና ደኣ ተዛረበ እምበር። ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ 'ሞ ብዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ብሓቂ ኣተን ሥኣና ምስኡ ውን ብኽብሪ ኣቐመጠና።
ክፍል ፷፩	**ክፍሊ 21**
፲፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ኃምስ ድርሳን እምትርጓሜ ዛቲ መልእክት ይቤ ሐዋርያ በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ አቅረበነ ወአብጽሐነ ኀበ እግዚአብሔር በሥጋሁ ባሕቲቱ ዘበመስቀል ወአጥፍአ ጽልአ ዘኮነ ማዕከሌነ ወማዕ ከሌሁ። ኤፌ ፪፡፲፫-፲፱።	16 ደጊሙ ውን እዚ መምህር ዮሓንስ ኣፈወርቅ ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ኣብ ዝተርጕመሉ ኃሙሻይ ድርሳኡ ከምዚ በለ÷ ንሱ ቡቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቐለ ሥጋኡ ጥራይ ናብ እግዚኣብሔር ፈጺሙ ከም ዘቕረበና፡ ኑቲ ኣብ መንኳናን መንኳኡን ዝነበረ ናይ ጽልኢ መንደቕ ከምዘፍረሰ ብዛዕባ ክርስቶስ እቲ ሓዋርያ ተዛረበ÷ በለ። ኤፌ 2፡13-19።
፲፯ ወዘሰ ይቤ አቅረበነ ለሠቱ ያጤይቅ ግብርነ እስመ ህላዌ እጓለ እመሕያው	17 'ናብኡ ኣቕረበና' ዝበሎ ርኂቕና ከም ዝነበርና የረድእ። ባህርይ ሰብ ካብ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፷	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
ተፈልጠ እምእግዚአብሔር በኵሉ ዘመን ቅዱሳን አበው ወነቢያት ወሕግ ኵሎ ዘሀሎ እምቅድሚሆሙ ወእምአመ ዐለወ አዳም ኢክህለ መኑሂ እምእሉ ኵሎሙ ያቅርበነ ሎቱ።	እግዚአብሔር ተፈልዩ ስለዝነበረ፥ በቶም ዓበይቲ አቦታትን ነቢያትን፥ ብአሪትን ቅድሚኦም ካብ ዝነበረ ዘመን ኵሉ ካብ አዳም ዝብድል ጀሚሩ፥ ካብዞም ኵሎም ናብኡ ክቕርቦና ሓደ እኳ አይከአለን ነበረ።
፲፰ እስከ አመ መጽአ አምላክ ቃል ከሀሊ በኵሉ ወአቅረበነ ሎቱ በሥጋ ዘነሥአ እምዝንቱ ህላዌ ሶበ ተዐገሠ ቦቱ በቀለ ዘድልው ለህላዌ አዳም ወበመስቀል ቀተሎ ለጸላኢ ሚ ይትሌዐል ዝሀብት ወሚ ያፈርህ ዝነገር። ኢሳ ፶፫፥፬-፱። ኤፌ ፪፥፲፮። ሮሜ ፭፥፲፬-፲፮።	18 ክሳዕ እቲ፥ ኵሉ ምግባር ዝከኣሎ ኣምላኽ ቃል ሰብ ኮይኑ፥ ካብዚ ባህርይዚ ብዝወሰዶ ሥጋ ንባህርየ ኣዳም ዝግብኦ ሕማም ሞት ተዓጊሡ፥ ንጸላኢ ዲያብሎስ ውን ኣብ መስቀል ስዒሩ ናብኡ ዘቕርበና። እዚ ክብርዚ ክንደይ ይረቕቕ! እዚ ነገርዚ ክንደይ የፍርህ! ኢሳ 53፡4-9። ኤፌ 2፡16። ሮሜ 5፡14-16።
፲፱ ይቤ ወበሞቱ አሞቶ ለጸላኢ ወአማሰነ ኵለንታሁ ወኢአዘዘ መነሂ ይግበር ዘንተ ወኢገብሮ በነገር ባሕቲቱ አላ በተዐግሦቱ ብዙኃ ሕማማተ ወመጥዎተ ነፍሱ ለቅትለት። ኢሳ ፷፫፥፯-፱።	19 ‘ንጸላኢ ዲያብሎስ ብሞቱ ሰዓሮ፥ ሥልጣኑ ውን ኣጥፍኡ፥’ በለ። ነዚ ንኽገብር ንማንም ኣይኣዘዘን። ብዙኅ መከራ ብምቕባልን ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ብምፍላይን እዩ እምበር ብዘረባ ጥራይ ኣይገበሮን። ኢሳ 63፡8-9።
ክፍል ፷፪	**ክፍሊ 22**
፷ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ዕርገት በዕለት ፶ ተምዐ እግዚአብሔር ላዕሌነ ሶበ አበስነ ሎቱ።	20 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ብዛዕባ ኣብ 40 መዓልቲ ምዕራጉ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ንእኡ ምስ በደልና እግዚኣብሔር ፈሪዱልና ነበረ።
፷፩ ወመጽአ ክርስቶስ ዓራቂ ማዕከለ እግዚአብሔር ወእንለ እመሕያው ወዐረቆሙ ለክልኤሆሙ።ኤፌ ፪፥፲፬። ፩ጢሞ ፪፥፭።	21 እግዚኣብሔርን ሰብን ዘሰማምዕ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ንክልቲኣም ዓረቐም። ኤፌ 2፡14። 1ይ ጢሞ 2፡5።
፷፪ መለኮትሰ ዘአቡሁ ወዚአሁ ወትስብ እትሰ ዘዚአነ ወኮነ ዓራቂ ማዕከለ ፪ሆሙ ወአሠረ ፪ተ ህላዌያተ በበይ ናቲሆሙ በተዋሕዶ ወከመዝ አማሰነ ቦቱ ጽልአ።	22 መለኮት ገንዘብ ኣቦኡ እዩ፥ ናቱ ገንዘቡ ውን እዩ። ሥጋ ግና ናትና ገንዘብ እዩ። ንክልቲኣም ሓደ ገበረ፥ ነዞም ክልተ ባህርያት ነሓድሕዶም ብተዋሕዶ ሓደ ገበሮም፥ በዚ ኸኣ ምፍልላይ ኣጥፍኡ።
ክፍል ፷፫	**ክፍሊ 23**
፷፫ ወካዕበ ይቤ እስመ ክርስቶስ አዕረገ ሥጋሁ መሥዋዕተ እስመ ርእሰ ህላዌነ ውእቱ አንከረ አብ እምዝንቱ	23 ደጊሙ ውን በለ፥ ሊቀ ካህናትና እዩ እሞ ክርስቶስ ንሥጋኡ መሥዋዕቲ ገሩ ኣቕረበ። ቡቲ ናብኡ ዘቕረቦ፥ ብሥልጣኑ ውን

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፷	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
መሥዋዕት ዘኮነ ድልወ ይብጻሕ ኀቤሁ በእንተ ቅድሳት ዘአዕረጎ በእዴሁ ወረሰዮ ኀቤሁ።ዕብ ፲፡፩-፲፩።	ዘዕረጎ፡ ስለ ሥጋኡን ደሙን በቲ ናብኡ ክቐርብ ዝኸኣለ በዚ መሥዋዕት'ዚ **አብ** ተደነቐ። ዕብ 10፡1-15።
፷፬ ወይቤሎ ንበር በየማንየ ዝንቱ ሥጋ ዘሰምዐ ቅድመ ዘይብል መሬት አንተ ወትገብእ ውስተ መሬት ወይእዜሰ ለዝ ሥጋ ኢአከሎ ይኩን መልዕልተ ሰማያት ባሕቲቱ ወኢቆመ ኀበ መላእክት ወኢአከሎ ዝንቱ ክብር አላ ኮነ መልዕልተ መላእክት ወተለ ዓለ ዲበ ሱራፌል ወዐርገ ላዕለ እስከ ዐርገ መልዕልተ መንበረ መንግሥት ወነበረ ዲቤሁ።ዘፍ ፫፡፲፱። መዝ ፻፲ (፻፱)፡፩።ማር ፲፮፡፲፱። ፩ጴጥ ፫፡፳፪።	24 'ብየማናይ ተቐመጥ' በሎ። እዚ ሥጋ'ዚ ቀደም 'መሬት ኢኻ እሞ ናብ መሬትነትካ ክትምለስ ኢኻ' ዝብል ኣዋጅ ሰሚዑ ነበረ። ሎሚ ግና ነዚ ሥጋ፥ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ምኻን ጥራይ ኣይኣኽሎን፡ ኣብ ቦታ መላእኽቲ ኣይተወሰነን። እዚ ክብር'ዚ ውን ኣይኣኽሎን፡ ልዕሊ መላእኽቲ ኮነ፡ ልዕሊ ሱራፌል ክብ በለ። ናብ ዝፋን መንግሥተ ሰማያት ደዪቡ ኣብ ልዕሊኡ ክሳዕ ምቕማጥ ደኣ በጽሐ እምበር ናብ ላዕሊ ብምድያብ ጥራይ ኣየብቅዐን። ዘፍ. 3፡19። መዝ. 110 (109)፡1, ማር. 16፡19, 1ይ ጴጥ. 3፡22።
፷፭ ኢትራኢኑ መጠነ ርኅቀት ዘኮነ ማዕ ከለ ምድር ወሰማይ ነዓ አኃዝ ይእዜ እምነ ዘመትሕት ነጽር እስፍንቱ መጠነ ርኅቀት ዘሀሎ ማዕከለ ገሃነም ወምድር ወእስከ ሰማይ።	25 ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ዘሎ መጠን ርኅቀት ኣይትፈልጥን ዲኻ፡ ነዓ ሕጂ ካብ በርባሮስ ጀሚርካ ሥፈር፡ ኣስተውዕል ኣብ መንጎ ገሃነምን ምድርን ክሳዕ ሰማይ ዘሎ መጠን ርኅቀት ክንደይ ዝኣክል እዩ!
፷፮ ወዓዲ መጠነ ርኅቀት ዘሀሎ ማዕከለ ምድር ወሰማይ ወመጠነ ርኅቀት እምዝንቱ፡ ሰማይ እስከ ካልእ ሰማይ ወመጠነ ርኅቀት እምካልእ ሰማይ እስከ ሣልስ ሰማይ ወመጠነ ርኅቀት ማዕከለ ኃይላት ሰማያውያን ወማዕከለ እለ ውስተ አርያም ወማዕከለ መንበረ መንግሥት ወላዕለ መጠነዝ ርኅቀት ዓቢይ አዕረገ ህላዌ ዚአነ እስመ መካን ዘአውረደ ውስቴታ ሰብአ ቀዳሚ አልቦ በታሕቱ ምንትኒ ወመካንሂ ዘአዕረገ ውስቴቱ ይእዜ ሰብአ አልቦ በላዕሉ ምንትኒ። ኢሳ ፶፭፡፱። ዕብ ፩፡፮-፲፪	26 ከምኡ ውን ካብ ምድሪ ክሳዕ ጠፈር ዘሎ መጠን ርኅቀት ክንደይ ዝኣክል እዩ፡ ካብዚ ሰማይ'ዚ ክሳዕ ካልኣይ ሰማይ፡ ካብ ካልኣይ ሰማይ ክሳዕ ሣልሳይ ሰማይ ዘሎ መጠን ርኅቀት ከምኡ ውን ኣብ መንጎ ሰማያውያን መላእኽትን ኣብ መንጎ ኣርያም ዘለዉ መላእኽትን ኣብ መንጎ መንበረ መንግሥት ዘሎ መጠን ርኅቀት ክንደይ ዝኣክል እዩ፡ ነቲ ናትና ባህርይ ካብዚ ክብ ዝበለ መጠን ርኅቀት ንላዕሊ ኣደይቡ ኣቐመጠ። ካብቲ ቀደም ንሰብ ዘውረደሉ ቦታ ዝትሕት (መሬት ካብ ምኻን ዝንእስ) ምንም የልቦን፡ ሎሚ ኸኣ ካብቲ ንሰብ ዘደየቦ ቦታ ንላዕሊ (ኣምላኽ ካብ ምኻን) ዝበልጽ እንታይ ኣሎ፡ ኢሳ 55፡9። ዕብ 1፡6-12።
፷፯ ይቤ እስመ ዘወረደ ውእቱ ወዘዐርገ መልዕልተ ሰማያት አእምር እንከ ምንት ውእቱ ህላዌ ዘዐርገ ውስተ ሰማይ ወዘከመ እፎ ኮነ እምቅድመ ዮም አንሰ እፈቱ እትናገር በእንተ ኃጣረ ህላዌነ ከመ ይትዐወቅ ክብር ዘወሀበነ እግዚአብሔር ።	27 ናብ ሰማይ ዝደየበ እቲ ዝወረደ እዩ በለ። እምበኣር ናብ ሰማይ ዝደየበ ባህርይ እንታይ ምኻኑ ፍለጥ፡ ቅድሚ ሎሚ ውን እንታይ ከምዝነበረ ፍለጥ። ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ክብሪ ምእንቲ ኽንፈልጥ ኣነ ነቲ ናይ ቀደም ውርደት ባህርይና ክዛረብ እየ ዝፈቱ።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፰

፷፰ እስመ ቀዳሚሰ መሬት ወሐመድ ንሕነ ወአኮ ዘእብል ዘንተ ለአስተሐቅሮ ህላዌነ አላ በእንተ ዘኮነ እንበለ አእምሮ ፈድፋደ እምነ እንስሳ እለ ኢይነቡ ወበእንተ ዝንቱ ተመሰልነ በእንስሳ እለ አልቦሙ ልብ ወሶበ ተመሰልነ በእንስሳ እለ ኢይነቡ ኮነ ጎፍረት ዓቢይ እስመ ለዘኢይነብብ ህላዌሁ ኢነባቢ ውእቱ።

፷፱ ወዘሰ አክበርዎ በንባብ ወወድቀ በፈቃዱ ወኮነ ከመ እንስሳ ዘአልቦ ልብ ይትኴነን ጥቀ በሕሊናሁ ወሶበሂ ትሰምዕ ከመ ውእቱ ተመሰለ በእንስሳ እለ አልቦሙ ልብ ናሁ ኮነ ዕሩየ ምስሌሆሙ ወዓዲ ዘየዐኪ እምኔሆሙ በአማን ኮነ ዘነዐኪ እምኔሆሙ በፈቃድነ እንዘ ሰብእ ንሕነ ። መዝ ፸፱(፸፰)፡፲፪-፳።

፸ በከመ ተብህለ ላህምኒ አእመረ ዘአጥረዮ ወአድግኒ ምቅማሐ ወቤተ እግዚኡ ወመትሎሁ ለዝ ነገር ወካዕበ ተብህለ ኮኑ ኢማእምራን ፈድፋደ እምነ ርግብ ወሕዝብየሰ ኢያእመረ ኮነኔ አምላኩ።ኢሳ ፩፡፫።ኤር ፰፡፯።

ክፍል ፸፩

፸፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ በውስተ ዝንቱ ድርሳን እስመ ህላዌ ዘዓብደ ወገዝፈ ከመዝ ኮነ መልዕልተ ኵሉ ወዘይፈትዉ መላእክት የሐውጽዎ እምብዙኅ አዝማን ናሁ ይእዜ ርእይዎ ወነጸሩ ህላዌነ ዲበ መንበረ መንግሥት እንዘ ያፀድል ፈድፋደ እምኵሉ ፀዳለ ብርሃን ዝንቱ ውእቱ እለ ኮኑ ኵሎሙ መላእክት ወሊቃነ መላእክት ወኵሎሙ ቅዱሳን ይትሜነዩ ይርአይዎ። ፩ጴጥ ፩፡፲፪።

ክፍል ፸፪

፸፪ ወቦቱ ካዕበ ይቤ በእንተ ከመ መላእክት ይትፌሥሑ ምስሌነ ይቤ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68

28 ከመይ ቅድምስ መሬትን ሓመድን ኢና ዝነበርና፣ ነዚ ዝብል ዘለኹ ግና ባህሪና ንምንቃፍ ኣይኮነን። ካብቶም ዘይዛረቡ እንስሳታት ዝገድድ ፍልጠት ስኢንና ስለዝነበርና እየ እምበር። ስለዚ ድማ ኣእምሮ ብዘይብሎም እንስሳታት ተመሰልና፣ ።ብዘይዛረቡ እንስሳታት ምስ ተመሰልና ውን ዓቢይ ጎፍረት ኮነና። ከመይ ባህሪኡ ናይቲ ዘይዛረብ ፍጥረት ዘይምዝራብ ስለዝኾነ።

29 እቲ ብነባቢት ነፍስ ዘክበርዎ፣ ግና ፈትዩ ብኃጢኣት ዝተሰናኸለን ኣእምሮ ከምዘይ ብሉ ከም እንስሳ ዝኾነን ቤቲ እናፈለጠ ዝገበሮ ፈጺሙ ክፍረድ እዩ። ኣእምሮ ብዘይብሎም እንስሳታት ከምዝመተሰለ ምስ ሰማዕካ፣ እንሆ ምስኣም ሓደ ኮነ፣ ካብኣም ዝገድድ ክፉእ እኳ ኮነ። ኣእምሮ ዘሎና ክንከውን ከሎና ፈቲና ብዝገበርናዮ ሥራሕ ካብኣቶም ብሓቂ እንገድድ ኮንና። መዝ 49(48)፡12-20።

30 ‘ላም ንዋናኡ፣ ኣድጊ ውን ሓሠር ዝበል ዓሉ ቤት ጐይታኡ ፈለጠ’÷ ኣስዒቡ ውን ‘እስራኤል ግና ኣይፈለጡንን’ ከምዝተባህለ፣ ዳግማይ ውን ‘ካብ ርግቢት ዝያዳ ዓያሹ ኮኑ፣ ሕዝበይ ውን ሕጊ ፈጣሪኡ ኣይፈለጠን’ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ እዩ። ኢሳ 1፡3። ኤር 8፡7።

ክፍሊ 24

31 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ በዚ ድርሳኑ ከምዚ በለ÷ ፍልጠት ስኢኑ ብትዕቢት ተታ'ኒዙ ዝነበረ ባህርይ፣ ከምዚ ኢሉ ልዕሊ ኵሉ ኮነ። ካብ ብዙኅ ዘመን ጀሚሮም መላእኽቲ ንኽርእይዎ ዝምነይዎ ዝነበሩ፣ እንሆ ሎሚ ርኣይዎ። ንባህሪና ኣብ ልዕሊ ዝፋን መንግሥቲ ዝያዳ ካብ ኵሉ ብርሃን ወርኒ ፀሓይ ከብርህ ርኣይዎ። ኵሉም መላእኽትን ሊቃነ መላእኽትን ኵሉም ቅዱሳንን ክርእይዎ ዝምነይዎ ዝነበሩ እዚ እዩ። 1ይ ጴጥ 1፡12።

ክፍሊ 25

32 ደጊሙ ውን÷ መላእኽቲ ቤቲ ንኣና ዝተገብረ ክብሪ ምሳና ከምዝሕንሶ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፰	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
መድኅን እስመ ዓቢይ ፍሥሐ ይከውን በሰማያት እንበይነ ፩ዱ ኃጥእ ዘይኔስሕ ። ሉቃ ፲፭፡፬-፲።	ኣብዚ ድርሳኑ ተዛረበ። በቲ ሓደ ኃጥእ ዝንሳሕ፡ ኣብ ሰማያት ፍጹም ሓጐስ ከምዝግበር ጐይታ ተዛረበ።ሉቃ 15፡9-10።
፴፫ እፎኑ ኢይከውን ፍሥሓ ወኃሤት እንዘ ይሬእዩ ህላዌ እጓለ እመሕያው ዘአዕረጎ እግዚአብሔር አምላክ መልዕልተ ሰማይ ሶበ መጽአ እግዚእ ውስተ ዓለም አእመሩ ከመ እግዚአብሔር ተደመረ በእጓለ እመሕያው ሶበሰ ኢተደመረ እግዚአብሔር ብነ እምኢወረደ ውስተ ምድር ወሶበ ርእዩ ዘንተ ቆሙ በበየኃሆሙ ዲበ ምድር እንዘ ይብሉ ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ። ሉቃ ፪፡፲-፳።	33 ነቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ልዕሊ ሰማያት ዘዕረጎ ባህርይ ሰብ ክርእዩ ከለዉ ደኣ ክንደይ ፈጺሞም ዘይሕጐሱ፡ ጐይታ ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ምስ መጸ እግዚኣብሔር ባህርይ ሰብ ከምዝተዋሓደ ፍለጡ። እግዚኣብሔር ንባህርይና እንተ ዘይዋሓዶስ ናብ'ዚ ዓለም'ዚ ወረደ ኣይምተባህለን ነይሩ። ነዚ ምስ ርኣዩ በብወገኖም ሓደ ከይኖም፡ ኣምላኽ ንዝኾነ ሥጋ ኣብ ሰማያት ምስጋና ይግብኡ፡ ንሰብ ናጽነቱ (ውልድነቱ) ክወሃብ ኣብ ምድሪ ዕርቂ ተጀመረ፡ እናበሉ ኣብዚ ዓለም እዚ ኣመስገኑ። ሉቃ 2፡8-20።
፴፬ ርኢክኑ ዘከመ እፎ ይሴብሕዎ ለእግዚአብሔር በእንተ ሠናይት እንተ ትከውን ለካልኣን ወፈድፋደሰ ሥርየተ ኃጢኣት ወይሬእዩ ሠናያተ እንተ ትከውን ለነ ከመ ዚአሆሙ ይእቲ ወሶበሂ ርእይዎ ዓዲ እንዘ የዐርግ ሰማየ ተፈሥሑ ወተንሥዩ ጥቀ ወዐርጉ ምስሌሁ ውስተ ሰማይ ወበእንተዝ እምአመ ዕለተ ዐርገ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ ራእይ ዘነጸሮ ያዕቆብ እሙነ እንዘ መላእክት የዐርጉ ወይወርዱ ኀበ አብ ወዝ ውእቱ ርእይ ሐዲስ ዘኮኑ ይትሜነዩ ርእይዎ እምቅድመ ዮም ወናሁ ይእዜ ርእይዎ ዮም ። ዘፍ ፳፰፡፲-፳።	34 በቲ ንሰብ ዝተገብረሉ ክብሪ፡ ንእግዚኣብሔር ክንደይ ከምዘመስግንዎ ተረዲእካዶ፡ ብዝያዳ ድማ ኃጢኣት ስለ ዝተሠረየልና፡ ንኣና ዝተገብረ ክብሪ ንእኣም ከምዝተገብረ ገሮም ይርእይዎ። ከምኡ ውን ናብ ሰማይ ክዓርግ ከሎ ምስ ርኣይዎ ፈጺሞም ተሓጐሱ። ናብ ሰማይ ተኾቲሎምዎ ውን ደየቡ። ስለዚ ኽኣ ካብታ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝዓረገላ ጊዜ ጀሚሩ፡ መላእኽቲ ናብ **አብ** ክድርቡ ክወርዱ ያዕቆብ ዝረኣዮ ራእይ ተፈጸመ። ቅድሚ ሎሚ ንክርእይዎ ዝምነይዎ ዝነበሩ ሓድሽ ራእይ እዚ እዩ። እንሆ ሕጅ ውን ሎሚ ርኣይዎ። ዘፍ 28፡10-20።
ክፍል ፸፮	**ክፍሊ 26**
፴፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ብሥራት ወዘከመ ይቤላ መልአክ ለማርያም ድንግል ቅድስት ተፈሥሒ ኦ ማርያም ዘተሠገወ እምኔኪ እግዚአብሔር ቃል ወወጽአ እምኔኪ ከመ መርዓዊ ዘይወጽእ እምጽርሑ። መዝ ፲፱(፲፰)፡፮።	35 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ መልኣክ ንንጽሕት ድንግል ማርያም፡'እግዚኣብሔር ቃል ነፍስን ሥጋን ካብኺ ወሲዱ ሰብ ዝኾነ፡ ከምቲ ካብ ሕልፍኺኡ ዝወጽእ መርዓዊ ውን ካብኺ ዝተረኽበ ኦ ማርያም ተሓጐሲ'ኢሉ ከም ዘበሠራ ነገረ ብሥራት ኣብ ዝተዛረበሉ ዓንቀጽ ከምዚ በለ። መዝ 19(18)፡5።

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፷	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
፴፮ ተፈሥሒ አ ማርያም ዘወፅአ እምኔኪ ኖላዊ ጌር ዘበአማን ዘነሥሦ ለበግዕ ግዱፍ ወሰበ ረከቦ ያሮ ዲበ መትከፍቱ ተፈሥሒ አ ማርያም እንተ ብኪ ተበትከ ማዕሠረ ሔዋን ማሕመሚ እንተ ገደፋ እግዚአብሔር ውስተ ደይን። ማቴ ፲፰፡፲፪-፲፬። ዮሐ ፲፡፲፩። ዘፍ ፫፡፲፭።	36 ንዝጠፍአ በጊዕ ንአዳም ደልዩ ምስ ረኸቦ አብ መንኮቡ ዝተሸከሞ ሓቐኛ ለዋኅ ጓሳ ካቫኺ ዝተወልደ አ ማርያም ተሓጐሲ። ነቲ እግዚአብሔር ናብ ሲኦል ዝደርበያ ናይ ሔዋን ፅዑዕ መእሠሪ ፍዳ ብኣኺ ዝጠፍአ አ ማርያም ተሓጐሲ። ማቴ 18፡12-14። ዮሓ 10፡11። ዘፍ 3፡16።
፴፯ ተፈሥሒ አ ማርያም ምድር ቅድስት ዘበጽሐኪ እግዚአብሔር እንዘ ይጼዓን ዲበ ደመና ብሩህ ወቦአ ውስቴትኪ ተፈሥሒ አ ማርያም ዘአስተርአየ እምኔኪ እግዚአብሔር ዘየዐርፍ በቅዱሳኒሁ ተፈሥሒ አ ማርያም ዘሠምረ እግዚአብሔር ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ይትወለድ እምኔኪ ቃል ዘንሰግድ ሎቱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ። ዘፀ ፫፡፪-፭። ኢሳ ፲፱፡፩። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፯። ፻፴፪(፻፴፩)፡፲፫።	37 እግዚአብሔር አብ ብሩህ ደመና ተጸዒኑ ናቫኺ መጺኡ፡ አቫኺ ዝኃደረ ቅድስት ምድሪ አ ማርያም ተሓጐሲ። አብ ቅዱሳን ኃዲሩ ዝነብር እግዚአብሔር ቃል ካቫኺ ተወሊዱ ዝተገልጸ አ ማርያም ተሓጐሲ። ምስ **አብን** ምስ **መንፈስ ቅዱስን** ንሰግደሉ ቃል ካቫኺ ንክውለድ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ እግዚአብሔር ንኣኺ ዝፈተወ አ ማርያም ተሓጐሲ። ዘፀአ 3፡2-5, ኢሳ 19፡1, መዝ 118(117)፡27 132(131)፡13።
፴፰ ተፈሥሒ አ ማርያም እሙ ለዘሐዋርያሁ አነ ተፈሥሒ አ ማርያም ዘወለድኪዮ ለአማኑኤል ለዘዐቀበ ማኅተመ ድንግልናኪ እንበለ ሙስና እምድኅረ ልደቱ። ሕዝ ፵፬፡ ፩-፫።	38 ኣደ ናይቲ ኣነ ሓዋርያኡ ዝኾንኩ ጐይታ አ ማርያም ተሓጐሲ። ካቫኺ ምስ ተወልደ ማኅተመ ድንግልናኺ ከይለወጠ ዝሓለወኪ ንኣማኑኤል ዝወለድኪ አ ማርያም ተሓጐሲ ። ሕዝ 44፡1-3።
፴፱ ሰላም ለኪ አ ማርያም እንተ ወለድኪ አምላክ እንዘ ኢይትነሠት መሠረተ ማኅፀንኪ ሰላም ለኪ አ ማርያም እንተ ወለድኪ ንጉሠ እንዘ ኢይትረኀው ወኢይትቄለጥ ማኅተመ ድንግልናኪ ወተሰመይኪ እመ ወአመተ በልደተ መድኃኒነ ቅዱስ ሰላም ለኪ አ ማርያም እስመ ረኪብኪ ሞገሰ እግዚአብሔር ምስሌኪ። ሉቃ ፩፡፷፰-፸።	39 መሠረት ማኅፀንኪ ከይተናወጸ ኣምላኽ ዝወለድኪ አ ማርያም ሰላምታ ይግብኣኪ። ማኅተመ ድንግልናኪ ከይተለወጠ ንንጉሥ ክርስቶስ ዝወለድኪ ፍሉይ መድኃኒና ብምውላድኪ ኣደን ኣገልጋሊትን ዝተበሃልኪ አ ማርያም ተሓጐሲ፡ ሰላምታ ይግብኣኪ እዩ። እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍሽኺ ነፍስ ወሲዱ ሰብ ኮይኑ፡ ናይ ኣደነት ፍቕሪ ረኺብኪ ኢኺ እሞ አ ማርያም ሰላምታ ይግብኣኪ። ሉቃ 1፡28-30።
ክፍል ፷፯	**ክፍሊ 27**
፵ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ውስተ ድርሳኑ በትርጓሜ	40 ደጊሙ ውን እዚ ኣቦ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ንመልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ

ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. ፷፰	ዘዮሐንስ አፈ ወርቅ ም. 68
መልእክተ ጳውሎስ ለሰብአ ኤፌሶን ሶበ ትሰምዕ ስመ ክርስቶስ ኢተሐሊ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ባሕቲቱ አላ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ እንዘ ፩ዱ ውእቱ ። ሉቃ ፪፡፲፩። ማቴ ፩፡፲፮።	ኤፌሶን ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ÷ 'ክርስቶስ' ክብል እንተ ሰማዕካ በይኑ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ በይኑ ሰብ ከም ዝኾነ ኣይትሕሰብ። ሓደ ከም ምሻኒኡ መጠን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ እምበር። ሉቃ 2፡11። ማቴ 1፡16።
፸፩ ይቤ ይትባረክ እግዚአብሔር አቡሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወኢይቤ አቡሁ ለቃል አላ አቡሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይብል እስመ ውእቱ ዝንቱ አሐዱ ወልደ እግዚአብሔር ለሊሁ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ። ኤፌ ፩፡፫ ።	41 'ናይ ባህርይ ኣቦኡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚኣብሔር **እብ** ይመስገን፡' በለ። ናይ ቃል ኣቦኡ ኣይበለን፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ኣቦኡ ደኣ በለ እምበር። ከመይ ሓደ ወዲ እግዚኣብሔር ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ኤፌ. 1፡3።
ክፍል ፸፭	**ክፍሊ 28**
፸፪ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት በእንተ ዝንቱ አኮ መኑሂ ዘይዔብስ ሶበ ይቤ ከመ ሐዲስ ውእቱ ወሶበሂ ንቤ ብሉየ መዋዕል ውእቱ ሐዲስ ንብሎ በእንተ ዘኮነ ጥንተ አስተርእዮቱ ይእዜ እንዘ ብሉየ መዋዕል ውእቱ።ራእ ዮሐ ፩፡፭። ፳፪፡፲፫።	42 ደጊሙ ውን ነገረ ልደት ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ÷ ስለዚ ሓደ እኳ ደኃራዊ ከምዝኾነ እንተተዛረበ ኣይበደለን (ኣይተጋገየን) ብዘመን ቀዳማዊ እዩ፡ እንተበልና ውን ቀዳማዊ እንከሎ ንመጀመርታ ጊዜ ብሥጋ ምርኣዩ ሎሚ ስለ ዝኾነ በዚ ዳኅረዋይ ንብሎ። ራእ 1፡8። 22፡13።
፸፫ ወቦቱ ይቤ ካዕበ ለነሰ ያነውሩነ አብዳን ሶበ ንቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረ ሎቱ ሕያው መቅደሰ በመንፈስ ቅዱስ ወቦቱ አድኀነ ዓለመ ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭።	43 ከምኡ ውን በዚ ድርሳን'ዚ እግዚኣብሔር ኑቲ ሕያው ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋ ብመንፈስ ቅዱስ ፈጠረ፡ ንዓለም ውን ብእኡ ኣድኃነ ክንብል ከሎና እቶም ዓያሹ ይነቐፉና እዮም በለ። ማቴ 1፡18-25።
ክፍል ፸፬	**ክፍሊ 29**
፸፬ ወቦቱ ካዕበ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረ ሎቱ መቅደሰ ፀሐየ ጽድቅ ዘውእቱ እግዚእ ኃይላት ዘአልቦቱ ሥጋ መጽአ በሥጋ ቅዱስ ወኢያርስሖ አላ ፈድፋደ አንጽሖ ወፈጠሮ ቅዱሰ ። ሚል ፬፡፪።	44 ከምኡ ውን በዚ ድርሳን'ዚ÷ እግዚኣብሔር ክዋሓዶ ሥጋ ከምዝፈጠረ ተዛረበ። ሥጋ ዘይነበሮ ናይ መላእክቲ ፈጣሪ ሓቀኛ ፀሓይ፡ ካብ ንጹሕ ሥጋ ተወልደ። ነቒፉ ኣይኃደጎን። ንጹሕ ጌሩ ፈጢሩ ፍጹም ኣምላኽ ገበሮ ደኣ እምበር። ሚል 4፡2።

ዘቴዎፍሎስ ም. ፷፱	ዘቴዎፍሎስ ም. 69
ምዕራፍ ፷፱ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 69 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዛቲ ዘሀገረ እለ እስክንድርያ በእንተ ሃይማኖት ኮነ በኒቅያ ጉባኤ ፫ቱ ፻ት ፲ቱ ወ፷ቱ ኤጲስ ቆጳሳት በእንተ ሃይማኖት ወተአመኑ እንዘ ይብሉ ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር አቡሁ ለቃል ሕያው ወሥነ ጥበብ ወኃይል ወአርአያ። ኤፌ ፬፡፩።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎፍሎስ ነገረ ሃይማኖት ተዛረበ፥ 318 ሊቃውንቲ ኣብ ኒቅያ ጉባኤ ገበሩ። ሕያው፡ ሠናይ ጥበብ፡ ኃይልን ኣርኣያን ዝኾነ፥ ናይ ሕያው ቃል ኣቦ እግዚ ኣብሔር *ኣብ* ሓደ እዩ ኢሎም ኣመኑ ። ኤፌ 4፡5።
፪ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ እም፩ዱ እግዚአብሔር አርአያሁ ወአምሳሉ ፍጹም ዘእምፍጹም አብ ወላዴ ወልድ ዋሕድ መለኮት ቃል ገባሪ ጥበበ ክዋኔ ዘለኮሉ ወሥነ ኃይል ለፍጡራን ውእቱ ወልድ ዘበአማን ዘኢያስተርኢ እምዘኢያስተርኢ ዘኢየኃልፍ እም ዘኢይኃልፍ ዘኢይመውት እምዘ ኢይመውት ዘለዓለም እምዘለዓለም ። ዮሐ ፲፬፡፱።፩ቆሮ ፰፡፮። ቈላ ፩፡፲፭።	2 ካብ ሓደ እግዚኣብሔር ዝተረኽበ ሓደ እግዚኣብሔር፥ *ንኣብ* ብመልክዕ ዝመስሎ፡ ብባህርይ ብህልውና ዝተኻኸሎ፡ ካብቲ ንሓደ ወልድ ዝወለደ ፍጹም **ኣብ** ዝተረኽበ ፍጹም ገዛኢ ፈጣሪ ዝኾነ ቃል፡- ንኹሉ ጥበብን ንፍጡራን ሠናይ ኃይልን ዝኸውን ናይ ባህርይ ወልድ ንሱ፥ ካብ ዘይርኣ **ኣብ** ዝተረኽበ ዘይርኣ፡ ካብ ዘይኃልፍ **ኣብ** ዝተረኽበ ዘይኃልፍ፡ ካብ ዘይመውት **ኣብ** ዝተረኽበ ዘይመውት፡ ካብ ቀዳማዊ **ኣብ** ዝተረኽበ ቀዳማዊ *ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ* ሓደ እዩ ኢሎም ኣመኑ። ዮሓ14፡9, 1ይቆሮ8፡6, ቈላ 1፡15።
፫ ወ፩ዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ እምእግዚአብሔር ነባቢ በነቢያት ወአርአያሁ ለወልድ ፍጹም ዘእምአብ ፍጹም ወፈጣሬ ሕያዋን ዘያንሰአሥዕ ቅዳሴያተ ዘውእቱ ላዕለ ኮሉ ወውስተ ኮሉ ወህልው በኮሉ። ዮሐ ፲፭፡፲፮። ፲፩፡፳፮። ግብ ሐዋ ፬፡፳፭። ፳፰፡፳፭። ፩ቆሮ ፲፪፡፩-፲፪።	3 ካብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ዝተረኽበ፡ ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ዝመሃረ፡ *ን*ወልድ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ፡ ካብ ፍጹም **ኣብ** ዝተረኽበ ፍጹም፡ ንኹሉ ሕይወት ዘለዎ ዝፈጠረ፡ ከምዘመስግኑ ዝገብር፡ ልዕሊ ኮሉ ዘሎ፡ ኣብ ኮሉ ምሉእ ዝኾነ፡ ኣብ ኮሉ ኃዲሩ ዝነብር፥ *መንፈስ ቅዱስ* ሓደ እዩ ኢሎም ኣመኑ። ዮሓ 14፡15, 15፡26, ግብ ሐዋ 4፡25, 28፡25, 1ይቆሮ 12፡1-12።
፬ ሥሉስ ፍጹም በስብሐት ዘለዓለም ወመንግሥት ዘኢይትከፈል አልቦ ውስተ ሥላሴ ነኪር አልቦ ውስተ ሥላሴ ፍጡር አልቦ ውስተ ሥላሴ ዘተገብረ ይእዜ ወኢቅንየት ወኢዘኮነ እምድኅረ ዘኮነ።	4 ብዘይኃልፍ ጐይትነትን ብዘይክፈል መንግሥትን ሠለስቲኣም ሓደ እዮም። ካብ ሠለስቲኣም ፍሉይ የልቦን። ካብ ሥላሴ ፍጡር የልቦን፡ ኣብ ሥላሴ ገዛእን ተገዛእን የልቦን፡ ቀዲሙ ዘይነበረ እሞ ድኂሩ ዝተረኽበ የልቦን።
፭ ኢሀሎ አብ ግሙራ ዘመነ እምነ አዝማን ዘእንበለ ወልድ ወኢወልድ ዘእንበለ መንፈስ ቅዱስ አላ ህልዋን	5 ካብ ዘመናት ብዘመን ወልድ ከይነበረ ፈጺሙ **ኣብ** ኣይነበረን። ወልድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ተፈልዩ ብዘመን ኣይነበረን።

ዘቴዎፍሎስ ም. ፷፱ ዘቂርሎስ ም. ፸	ዘቴዎፍሎስ ም.69 ዘቂርሎስ ም. 70
ወበኵሉ ዘመን እንበለ ጥንት ወተፍጻሜት በቮቱ ኣካላት ፍጹማነ ገጽ ወመልክዕ እንዘ ኢይትዌለጡ ወኢይትፋለሱ። መዝ ፺(፹፱)፡፪። ፺፫(፺፪)፡፪ ። ፻፲፪(፻፲፩)፡፳፭-፳፯። ሚል ፫፡፮።	ከይተለወጡ ከይተለዋወጡ ብገጽ ብመልክዕ ፍጹማን ዝኾኑ፡ ብሠለስተ ኣካላት ጥንቲ ከይነበሮም ኣብ ኵሉ ዘመን ዝነበሩ፡ ፍጻሜ ከይሃለዎም ዝነብሩ እዮም። መዝ 90(89)፡2 93(92)፡2። 112(111)፡ 25-27 ። ሚል 3፡6
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ሊቀ ጳጳሳት በውስተ ኣኀብሮ ሃይማኖት ዘኗ ወፆዱ ።	6 ከምኡ ውን እዚ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎፍሎስ፥ ሃይማኖቱ ምስ ናይ 318 ሊቃውንቲ ሓደ ጌሩ ኣብ ዝተዛረበሉ ኣብ 21 ዓንቀጽ ከምዚ በለ።
፯ ተወልደ ከመ ሰብእ እምድንግል ወኮነ ዘመደ በኵሉ ግብር ዘዚኣነ እንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ሶበ በጽሐ በኣርኣያ ነኪር ወመንክር በኣስተ ርእዮቱ ባረከ ዲበ ህላዌ እንለ እመሕያው ።	7 ሰብ ኮይኑ ካብ ድንግል ተወልደ። ብዘይካ ኃጢኣት ኵሉ ናትና ሥራሕ ብምሥራሕ መሰለና። ብፍሉይ ግሩም ዝኾነ ባህርይ፡ ሰብ ኮይኑ ብምርኣዩ ናይ ሰብ ባህርይ ኣኽበረ።
❖ ❖ ❖	
ምዕራፍ ፸ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 70 ክፍሊ 1**
፩ ሃይማኖተ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ መምህረ ዓለም ይቤ ንሕነሰ ንተሉ እምነተ ኣበዊነ ቅዱሳን እንበለ ተወላውሎ ።	1 መምህር ዓለም፡ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ዝመሃሮ ሃይማኖት እዚ እዩ። ንሕናስ ብዘይምውልዋል ናይቶም ዓበይቲ ኣቦታትና ሃይማኖት ኢና ንስዕብ፡ በለ።
፪ ወነአምን ከመ ወልድ ዋሕድ ዘተወልደ እምኣብ ነሥኣ ሥጋ ወኮነ ሰብአ ወሐመ ወሞተ ወተንሥአ እሙታን ኣመ ሣልስት ዕለት እስመ ኢመዋቲ ውእቱ ወንትኣመን በቃለ እግዚ ኣብሔር በፆዱ ህላዌ።	2 ካብ እብ ዝተወልደ ወልድ ዋሕድ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ፡ ከም ዝሓመመ፡ ከምዝሞተ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታን ተፈልዩ ከም ዝተንሥኣ ንኣምን። ከመይ ዘይመውት እዩ። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ብእግዚኣብሔር ቃል ንኣምን ኢና።
፫ ወአልቦ መኑሂ ሕፁፀ ኣእምሮ ዘይሔሊ ከመዝ እስመ ሞት ተዐደወ ላዕለ ህላዌ እንተ ዘላዕለ ኵሉ ፍጥረት ኮነ ሰብአ በሥጋሁ ዘእምቅድስት ድንግል እስመ ዚኣሁ ውእቱ ወበእንተ ዝንቱ ንሕነ ንተሉ ሥርዓተ ወንብል ዘውእቱ ርኑቅ እምነ ሞት በመለኮቱ ሞተ በሥጋሁ ባሕቲቱ ከመ ሰብእ። ዮሐ ፩፡፲፬። ሮሜ ፭፡፲። ፪ ቆሮ ፭፡፲፬።	3 ኣብቲ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ዝኾነ ባህርይ፡ ሞት ከምዝበጽሐ ዝዛረብ ሓደ እኳ ደንቈሮ ኣይሃሉ። ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝተረክበ ሥጋ ሰብ ኮነ፡ ከመይ ገንዘቡ እዩ። ስለዚ ንሕና ንተዋሕዶ ኣሚንና፡ እቲ ብመለኮቱ ሞት ዘይብሉ ንሱ ሰብ ብምኻኑ ብሥጋ ሞተ ንብል። ዮሓ 1፡14። ሮሜ 5፡10። 2ይቆሮ 5፡14።

ዘቂርሎስ ም. ፵	ዘቂርሎስ ም. 70
፬ እንዘ አምላክ ውእቱ ናሁ ኮነ ሰብአ ወኢወፅአ ግሙራ እምስብሐተ መለኮቱ ወለእመኒ ኮነ ውስተ ክፍል እምነ ፍጡራን ውእቱሰ ይትሌዐል ላዕለ ኵሉ ፍጥረታት እንዘ ሐጋጌ ሕግ በመለኮቱ ናሁ ኮነ መትሕተ ሕግ ወነበረ በዘቦቱ እንዘ ይሐግግ ሕገ። ገላ ፬፡፬።	4 ኣምላኽ ከሎ ሰብ ኮነ። ካብ ክብሪ ጐይትነቱ ፈጺሙ ኣይተፈልየን። ዋላ እኳ ሰብ እንተኾነ ንሱ ልዕሊ ኵሉም ፍጡራን እዩ። ብመለኮቱ ሠራዒ ሕጊ ከሎ፡ እንሆ ሕጊ ክፍጽም ተረኽበ። ቦቲ ሕጊ ክህብ ከሎ ዝነበረ ባህሪኡ ጸኒዑ ነበረ። ገላ. 4፡4።
፭ እንዘ እግዚእ ውእቱ በመለኮቱ ናሁ ነሥአ አርአያ ገብር ወኢተአተተ እምኔሁ ሥርዓተ እግዚእና እንዘ ዋሕድ ውእቱ ናሁ ኮነ በኵረ ለብዙኃን ወነበረ በተዋሕዶቱ ። ሮሜ ፰፡፳፱። ፊልጵ ፪፡፭-፰።	5 ብመለኮቱ ገዛኢ ከሎ፡ እንሆ ናይ ተገዛኢ ባህርይ ናቱ ገበረ። ግና ክብሪ ጐይትነት ካብኡ ኣይተፈልየን። ሓደ እንከሎ እንሆ ንብዙኃት ምእመናን ቀዳማይ (ብትንግሌ ብዕ ርገት) ኮነ። ብሓድነቱ ጸኒዑ ነበረ። ሮሜ 8፡29። ፊልጵ 2፡5-8።
፮ አኮ መንክር እመ ሞተ በሥጋ ከመ ሰብእ ናሁ ኢመዋቲ ውእቱ በመለኮቱ ወጳውሎስሂ ሐዋርያ ጸሐፈ እንዘ ይብል እስመ ቃል ዘውእቱ በአርአያ ዝንቱ ፩ዱ ስብሐት ዘአብ ለሊሁ ዓዲ ዘተዐገሠ እስከ በጽሐ ለሞት ወሞቱሂ ዘበመስቀል። ፊልጵ ፪፡፰-፱።	6 ሰብ ብምኻኑ ብሥጋ እኳ እንተ ሞተ ዘደንቕ ኣይኮነን። እንሆ ብመለኮቱ ዘይመውት እዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ውን፥ እቲ ቃል በዚ ሓደ ጐይትነት ንኣብ ብምምሳል፡ ንሱ ክሳዕ ሞት መከራ ከምዝተዓገሠ፡ ሞቱ ውን ኣብ መስቀል ከምዝኾነ ተዛረበ። ፊልጵ 2፡8-9።
፯ ወካዕበ ይቤ ውስተ ካልእ መልእክት ከመ ውእቱ አምሳሊሁ ለእግዚ አብሔር ዘኢያስተርኢ በኵረ ኵሉ ፍጡራን እስመ ቦቱ ፈጠረ ኵሎ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ።	7 ደጊሙ ውን ኣብ ካልእ መልእኽቱ፥ ቅድሚ ፍጡራን ዝነበረ ንሱ ንእግዚኣብሔር ኣብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻሸሎ ከምዝኾነ ተናገረ። ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ዝርኣን ዘይርኣን ኵሉ ብቓልኡ ፈጢሩ እዩ።
፰ መናብርት ወአጋዕዝት መላእክት ወመኳንንት ወኵሉ በእንቲኣሁ ኮነ ወቦቱ ተፈጥረ ወውእቱ ህልው እምቅድመ ኵሉ ወቦቱ ኵሉ ቆመ ወርእሳ ውእቱ ለቤተ ክርስቲያን ወውእቱ በኵር እምነ ምውታን ከመ ይኩን ርእሰ ለኵሉ እስመ ኮነ በኵረ ለዘሰከበ። ቆላ ፩፡፲፩-፲፱።	8 መናብርት፡ ኣጋእዝት፡መላእኽት፡ መኳንንት ኵሉም ንእኡ ከገልግሉ ተፈጥሩ። ኵሉ ብናቱ ቃልነት ተፈጥረ። ቅድሚ ኵሉ ዝነበረ እዩ። ኵሉ ብእኡ ጸኒዑ ይነብር። ንምእመን (ቤተ ክርስቲያን) ገዛኢኣ ንሱ እዩ። ናይ ኵሉ ገዛኢ ምእንቲ ክኸውን ካብ ምዉታን ኣቐዲሙ ዝተንሥአ ንሱ እዩ። ከመይ ቀኾረ ኵሉ ዝሞተ እዩ። ቈላ 1፡15-19።
፱ ወቀዳሚ ዘተወልደ እምነ ምውታን ቃለ እግዚአብሔር ዘእምአብ ውእቱ ሕይወት ወማሕየዊ ወለሊሁ	9 ካብ ወገን ምዉታን ዝተወልደ ቀዳማዊ፡ ካብ ኣብ ዝተረኽበ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ሕይወት እዩ፡ መድኃኒት ውን እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፸	ዘቂርሎስ ም. 70
አብ ዘወለዶ ወእፎኑ ኮነ በኵረ ምውታን ወቀዳሚ ለዘሰከበ እስመ ውእቱ ነሥአ ሥጋ ዘይመውት ወሐሰበ ለሞቱ ።	አብ ዝወለዶ ንሱ እዩ። ከመይ ኢሉ ‘በኵሪ ምዉታን፡ ንዝሞተ ቀዳሚ’ ተባህለ፤ ሞት ዝሰማምየ ሥጋ ተዋሒዱ እዩ እሞ ሕማምን ሞትን ናቱ ገበረ።
፲ ወበጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ ሀየንተ ኵሉ ፍጥረት በከመ ይቤ ጳውሎስ ጠቢብ ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ዘይደሉ ከመ ይሙት ወኢተአተተ እምኔሁ ኃይለ ሕይወት ወሶበ ንቤ ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ኢተወክፈ ሞተ በህላዌ መለኮቱ አላ በከመ ንቤ ውእቱ በሥጋሁ ባሕቲቱ ተወክፈ ሞተ። ዮሐ ፭፡፳፮። ፮፡፶፯። ፲፩፡፳፭። ዕብ ፪፡፱። ፯፡፲፮።	10 ምእንቲ ኵሉ ፍጥረት በኃ ኮይኑ ብለውሃት እግዚአብሔር ብሥጋ ሞተ። ‘ሕማም ሞት ብዝሰማምየ ሥጋ ሞተ’ ክብል ፈላጥ ጳውሎስ ከምዝተዛረበ፡ ሥልጣን ሕይወት ካብኡ ኣይተፈልየን። ዋላ እኳ ብሥጋ ሞተ እንተበልና ብባህርየ መለኮቱ ግና ኣይሞተን። ‘ብሥጋ ሞተ’ ከምዝበልና፡ ብሥጋ ጥራሕ ሞት ተቐበለ ደኣ እምበር። ዮሓ 5፡26። 6፡57። 11፡25። ዕብ 2፡9። 7፡16።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፲፩ ትምህርተ ሃይማኖት ቅድስት ዘነበበ ቅዱስ ቄርሎስ በውስተ መጽሐፍ ዘሰመዮ አርማስ ትምህርት ለንኡሰ ክርስቲያን እምቅድመ ያጥምቅዎሙ።	11 ቅዱስ ቄርሎስ፥ ‘ኣርማስ(መርከብ)’ ኢሉ ኣብ ዝጸውዖ መጽሓፉ ዝተዛረቦ ቅኑዕ ትምህርቲ ሃይማኖት እዚ እዩ። ንንኡሰ ክርስቲያን (ንጥምቀት ዝቐረቡ) ቅድሚ ምጥማቐም ዝወሃብ ትምህርቲ እዚ እዩ።
፲፪ ለእመ ኢበጽሑ ኀበ ፍጻሜ ፍጹም አላ ንኡሰ ክርስቲያን እሙንቱ ይምህርዎሙ ወይገሥፅዎሙ በኵሉ ቋመት ዘእምነተ ሃይማኖት ርትዕት ዘሥሉስ ዕሩይ።	12 ንኡሰ ክርስቲያን (ንጥምቀት ዝቐረቡ) ኮይኖም ናብ ፍጹምነት እንተ ዘይበጽሑ፥ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢሎም ብምእማን ጸኒዖም ክነብሩ ይምሃርዎምን የረድእዎምን።
፲፫ ዘውእቱ ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ኃይል ወ፩ዱ ልዕልና ወ፩ዱ ስብሐት ወ፩ዱ ክብር ወ፩ዱ ብሉየ መዋዕልና እምቀዲሙ ፍጹማን በ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንበለ ሥጋ ኢፍጡራን ዘኢይትመውዑ ወዘኢይትዌለጡ አልቦሙ ጥንት ለክዋኔ ወኢተፍጻሜት ለዘመን።	13 እዚ ድማ ሓደ መለኮት፡ ሓደ ባህርይ፡ ሓደ ኃይሊ፡ ሓደ ልዕልና፡ ሓደ ጐይትነት፡ ሓደ ክብሪ፡ ካብ ጥንቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ሓደ ቀዳማዊነት እዩ። ብሠለስተ ኣካላት ብሠለስተ ገጻት ፍጹማን እዮም። ግዙፋን ኣይኮኑን፡ ዘይተፈጥሩ እዮም፡ ድኻም ዘይሰማምየም ዘይልወጡ እዮም። ንምርካብ ጥንቲ፡ ንዘመን ፍጻሜ የብሎምን።
፲፬ ዝንቱ ውእቱ እምነተ ፩ዱ መለኮት ሥሉስ ዕሩይ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አብ ቀዳማዊ እምቀዲሙ ዘኢይትረከብ ፍጹም በገጹ ወአካሉ በከመ ይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት እንተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	14 ‘አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ እዩ፡’ ኢልካ ምእማን እዚ እዩ። ከምቲ ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝተቐበለቶም ቅዱሳት መጻሕፍት ዝብልኡ። ዘይምርመር ብቅድምና ዝነበረ አብ ብገጹ ብኣካሉ ፍጹም እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፹	ዘቂርሎስ ም. 70
፲፭ ወልድ ቀዳማዊ እምቀዲሙ ዘኢይትረከብ ፍጹም በገጽ ወአካሉ በከመ ይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት እንተ ዘቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ ዘሐዋርያት።	15 ከምቲ ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝተቐበለቶም ቅዱሳት መጻሕፍት ዝብልአ። ዘይምርመር ብቅድምና ዝነበረ ወልድ ውን ብገጹ ብኣካሉ ፍጹም እዩ።
፲፮ ወመንፈስ ቅዱስ ቀዳማዊ እምቀዲሙ ዘኢይትረከብ ፍጹም በገጹ ወበመልክዑ በከመ ይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት እንተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ ዘሐዋርያት ። ዘፍ ፲፰፡፩-፮። ኢሳ ፵፩፡፬። ዮሐ ፩፡፩-፬።	16 ከምቲ ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝተቐበለቶም ቅዱሳት መጻሕፍት ዝብልአ። ዘይምርመር ብቅድምና ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ውን ብገጹ ብኣካሉ ፍጹም እዩ። ዘፍ. 18፡1-6, ኢሳ.41፡4,ዮሓ.1፡1-4።
፲፯ ወካዕበ ይገሥፅዎሙ ከመ ይእመኑ ወይትአመኑ እስመ ወልድ ቃል አምላክ ዘውእቱ እመለኮተ አብ ዘተገብረ ፩ዱ አካል እም፫ቱ አካላት ዘበመለኮት ዘዕሩይ ምስለ አብ ዘተወልደ እምአብ በልደተ መለኮታዊ ፍጹም እምቀዲሙ አርአያሁ ለእግዚአብሔር ወአምሳለ አካሉ ወብርሃነ ስብሐቲሁ ዘኢይትረከብ ።	17 ከምኡ ውን ካብ ባህርይ አብ ዝተረኽበ ኣምላኽ ቃል ወልድ ዘይተፈጥረ፡ ብመለኮት ሓደ ዝኾነ፡ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል፡ ምስ አብ ማዕረ ዝኾነ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ብመለኮታዊ ልደቱ ካብ አብ ዝተወልደ ፍጹም ንእግዚአብሔር አብ ብመልክዕ ዝመስሎ፡ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ዘይምርመር መፍለጢ ጐይትነቱ ከምዝኾነ ምእንቲ ኽኣምኑ ይምሃርዎም።
፲፰ ውእቱ ባሕቲቱ ቃል አምላክ ወልደ አብ በገጹ ወአካሉ በሥምረተ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ዘጸገወ ለነ ወረደ እምሰማያት እምሕፅነ አቡሁ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ዘኢፍጡር ዘአልቦቱ ሥጋ ወዘኢይትዌለጥ በእንተ መድኃኒትነ ለእጓለ እመሕያው ዘፈጠረነ በአርአያሁ ወበአምሳሊሁ በዘኢይትረከብ።	18 ብገጹ ብኣካሉ ፍሉይ ዝኾነ ወልደ አብ ኣምላኽ ቃል፡ ብፍቓድ አቦኡን ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስን ንኣና በጃ ኮይኑ ተዋህበ። ዘይተፈጥረ ሥጋ ዘይነበሮ ዘይልወጥ ንሱ እግዚአብሔር ቃል ብዘይምርመር ግብሪ ብመልክዑን ብምስሉን ንዝፈጠረና ንኣና ደቂ ሰባት ከድኅነ ካብ ሓድነት አብ ከይተፈልየ ካብ ሰማይ ወረደ።
፲፱ እስመ ኀጕላን ንሕነ በኃጢአት ዓባይ እንተ ጸንዐት ላዕሌነ ጥቀ በእንተ ፈቃድነ እንተ ወፅአት እምህላዌሃ እንተ ይእቲ ጥንተ ኃጢአት ወእምዝ እስመ እግዚእነ ቃል አምላክ ዘእምአብ ተሣሃለ ኀጕለ ዚአነ ወወረደ ወኀደረ ውስተ ከርሠ ብእሲት ቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ። መዝ ፹፮(፹፯)፡፭-፮። ሉቃ ፩፡፷፰-፸፱። ሮሜ ፭፡፲፬-፲፱	19 በታ መጀመርታ ኃጢኣት፡ ካብ ግዕዛና ዝወጸት ብምኽንያት ፍቕድና ኣባና ፈጺማ ጸኒዓ ዝነበረት ዓባይ ኃጢኣት ጠፊእና ነበርና። ብድኅር'ዚ ካብ አብ ዝተረኽበ ጐይታ ኣምላኽ ቃል፡ ጥፍኣትና ርእዩ ይቕረ ብምባል፡ ወሪዱ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ኃደረ። መዝ 85 (84)፡1-4, ሉቃ 1፡68-79, ሮሜ 5፡14-19።

ዘቁርሎስ ም. ፵	ዘቁርሎስ ም. 70
፵ ወፈጠረ ለሙቱ ሰብአ ኮለንታሁ ሥጋ ፍጹመ ዘእንበለ ኃጢአት እምሥጋሃ እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም በሥጋ ወአዳም ቀዳሚ ብእሲ ወገብሮ ለትስብእት ኮለንታሁ ዘነሥአ እምሥጋሃ ዘእንበለ ኃጢአት ወዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ በ፩ደ ህላዌ መለኮት እም ኮርሥ በዘኢይትረከብ። ዕብ ፪፡፲፮።	20 ብሥጋ ካብ ናይ መጀመርታ ሰብ ኣዳም፡ ካብ ኣብርሃም፡ ካብ ዳዊት ካብ ዝተረኽበ ባህሪኡ(ሥጋኡ)፡ ኃጢኣት ዘይብሉ ብነፍስን ብሥጋን ፍጹም ዝኾነ ኣካል ንክወሓዶ ፈጠረ። ነቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ኃጢኣትን ዘርኢ ሰብኣይን ርሑቕ ገበሮ። ካብ ማኅፀን ጀሚሩ ብዘይምርመር ግብሪ ብሓደ ባህርየ መለኮት ምስኡ ሓደ ገበሮ። ዕብ 2፡16።
፵፩ ተዐገሠ ለተፀንሶ ውስተ ኮርሥ ከማነ በምሥጢር ዘኢይትረከብ ወእንዘ ለሊሁ ውስተ ኮርሥ ከመ እጓለ እመሕያው ውእቱ ይመልእ ኵሎ ሰማያተ ወምድረ ወመትሕተ ምድር በጽድቀ መለኮቱ ወይነብር በየማነ አብ በስብሐቲሁ ዘኢይትነገር ወዘኢይትረከብ ወኮሎ መንፈሰ ሕይወት ወኮሉ ፍጡራን እለ መልዕልት ወእለ መትሕት ውስተ እራኁ ወይኤዝዞሙ ለኮሎሙ ዘከመ ኃይሉ መዋዒ ወገባሪ ። ሉቃ ፩፡፶፪-፶፭። ዕብ ፩፡፪-፬።	21 ብዘይምርመር ምሥጢር ከማና ኣብ ማኅፀን ንክፅነስ ፈተወ። ንሱ ሰብ ብምኻኑ ኣብ ማኅፀን እንከሎ፡ ብባህርየ መለኮቱ ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ምሉእ እዩ። ብዘይምርመርን ብዘይንገርን ጐይትነቱ ማዕረ አብ ተቐሚጡ ነበረ። ኮሎም ናይ ሕይወት እስትንፋስ ዘለዎም ኣብ ላዕልን ታሕትን ዘለዉ ፍጡራን ውን ኮሎም ኣብ ማእከል ኢዱ እዮም ። ኣሸናፊ ፈጣሪ ንሱ በቲ ከሃልነቱ ንኮሎም ይእዝዞም እዩ።ሉቃ 1፡42-51።ዕብ 1፡2-4።
፵፪ እስመ ወልድ ህልው በአቡሁ በ፩ዱ ህላዌ መለኮት በላዕሉሂ ወበታሕቱሂ እንዘ ሀሎ ውስተ ኮርሥ ድንግል ወውእቱ ፩ዱ ምስለ ኮለንታሁ ትስብእት ዘተፈጥረ ሥጋ ዘእንበለ ኃጢአት ውስተ ኮርሣ ለድንግል በ፩ዱ ህላዌ መለኮት ዘኢይትረከብ ። ዮሐ ፲፬፡፲ ።	22 ከመይ ወልድ ኣብ ማኅፀን ድንግል ከሎ፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ምስ ኣቦኡ ብሓደ ባህርየ መለኮት ህልው እዩ። ከምኡ ውን ብዘይካ ኃጢኣት ምስቲ ኣብ ማኅፀን ድንግል ሥጋ ኮይኑ ዝተፈጥረ ፍጹም ትስብእት፡ ምስኡ ብዘይምርመር ብሓደ ባህርየ መለኮት ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ዮሐ 14፡10።
፵፫ ወይእቲ ወለደቶ በሥጋ ወኪያሁ ዓዲ ዘጠብለልዎ በአጽርቅት በሥጋ ወወደይዎ ውስተ ጎል ከመ ሕፃን ንኡስ ወልደ እጓለ እመሕያው ውእቱመ ዓዲ ዘጠበወ ሐሊበ እምአጥባተ ድንግል እንዘ ለሊሁ አምላክ ዘኢይትዌለጥ እምልዕልናሁ ወስብሐቲሁ ። ሚል ፫፡፮ ።	23 ንሳ ውን ብሥጋ ወለደቶ። ከምኡ ውን ብሥጋ ጨርቂ ዝኸደንዎ ንእኡ እዩ። ካብ ሰብ ዝተወልደ ንእሽቶ ሕፃን ብምኻኑ ኣብ ደምበ ደርበይዎ። ከምኡ ውን ካብ ልዕ ልናኡን ጐይትነቱን ዘይልወጥ ኣምላኽ እንከሎ፡ ካብ ጡብ ድንግል ጸባ ዝጠበወ ንሱ እዩ። ሚል 3፡6።

ዘቂርሎስ ም. ፫	ዘቂርሎስ ም. 70
፷፬ ሎቱ ሰገዱ ሰብአ ሰገል ከመ አምላክ ወአእኰትዎ መላእክት ወአቅረቡ ሎቱ መሰግላን አምኃ ከመ አምላክ ወከመ ሰብእ ተገዝረ በሥርዓተ ሥጋ ወአብኡ መሥዋዕተ በእንቲአሁ ከመ ሰብእ።ማቴ ፪፡፩-፲፪። ሉቃ ፪፡፮-፳፬።	24 ኣምላኽ ብምኻኑ ሰብኣ ሰገል ሰገድሉ። መላእኽቲ ውን ኣመስገንዎ። ኣምላኽ ብምኻኑ ውን እቶም ጠቢባን በረኸተ ገጽ ኣወፈይሉ። ሰብ ብምኻኑ ኸኣ ንሥጋ ከምዝግባእ ተገዝረ። ሰብ ብምኻኑ ውን ስለኡ መሥዋዕቲ ኣቕረቡ። ማቴ 2፡1-12። ሉቃ 2፡6-24።
፷፭ ወተአዘዘ ለአዝማዲሁ እንተ ይእቲ እሙ እንተ ወለደቶ በሥጋ እንበለ ዘርአ ብእሲ ወልደቴሂ እምኔሃ በሥጋ አኮ ከመ ልማደ ፅንሰ ሥርዓቶን ለአንስት ሐሰ ኣላ ፍሉጥ እምልማደ ፅንሶን ለአንስት ወወለደቶ ድንግል ለቃል በሥጋ እንበለ ዘርአ ብእሲ ። ሉቃ ፩፡፳፭-፴፭። ፪፡፶፩።	25 ንኣዝማዱ ውን ተኣዘዘ። እታ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ዝወለደቶ ኣደኡ እያ። እቲ ብሥጋ ካብኣ ዝተወልዶ ውን ከም ሥርዓት ልማድ ፅንሲ ኣንስቲ ኣይኮነን። ካብ ሥርዓት ልማድ ፅንሲ ኣንስቲ ዝተፈልየ እዩ እምበር። ድንግል ንቃል ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ብሥጋ ወለደቶ። ሉቃ 1፡26-37። 2፡51 ።
፷፮ ወልሕቀ በበሕቅ በአካለ ሥጋ ሰብእ እንዘ ለሊሁ አምላከ ጽድቅ ምስለ አብ በመለኮቱ በኵሉ ጊዜ ወዘመን ተጠምቀ በዮርዳኖስ እምዮሐንስ ከመ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው እንዘ ያነጽሕ ኵሎ መካነ በመለኮቱ። ሉቃ ፪፡፶፪። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯።	26 ኣብ ኵሉ ጊዜን ዘመንን ምስ እብ ማዕረ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ክኸውን ከሎ፡ ሰብ ብምኻኑ ብኣካለ ሥጋ በብንእሽቶ ዓበየ። ብመለኮቱ ንኵሉ ፍጥረት ዘኽብር ክኸውን ከሎ፡ ንሰብ ከምዝግባእ ኣብ ዮርዳኖስ ብኢድ ዮሓንስ ተጠምቀ። ማቴ.3፡13-17።
፷፯ ርኀበ ወጸምአ ኖመ ወነቅሐ ከመ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ደክመ እምሐዊረ ፍኖት በልዐ ወሰትየ ወበከየ ወተከዘ ተሐውከ ወአስተብቍዐ ዘከመ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ከመ ይኅልፍ እምኔሁ ዝንቱ ጽዋዕ። ማቴ ፬፡፪። ፰፡፳፭። ፳፮፡፴፰-፵፭። ዮሐ ፬፡፮። ፲፩፡፴፫-፴፱። ፲፱፡፳፰።	27 ጠመየ፡ ጸምኡ፡ ንሰብ ከምዝግባእ ተታኽሰ፡ ነቕሐ፡ መገዲ ብምኻድ ደኸመ፡ በልዐ፡ ሰተየ፡ በኸየ፡ ተከዘን ኃዘነን። እቲ ጽዋዕ ሞት ካብኡ ንክኾነልፍ፡ ንሰብ ከም ዝግባእ ደጋጊሙ ለመነ። ማቴ 4፡3, 8፡25, 26፡38-45, ዮሐ 4፡6, 11፡33-39, 19፥28።
፷፰ ሐመ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ በፈቃዱ በዲበ መስቀል እንዘ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋ ዘቦቱ ጥዕመ ሞተ ወቦቱ ፈጸመ ዘንተ ሥርዓተ ከመ ዘለሎቱ ፩ዱ ህላዌ መለኮት ምስለ ሥጋ እምአመ ኀደረ ውስተ ከርሠ። ፊልጵ ፪፡፭-፱።	28 ሓመመ፡ ምስቲ ሞት ዝተቐበለሉ ሥጋ ሓደ ኮይኑ ኣብ መስቀል ብፍቓዱ ብሥጋ ሞተ።ሓደ ባህርየ መለኮት ንሥጋ ተዋሒዱ ኣብ ማኅፀን ካብ ዝኃድር ጀሚሩ፡ ሥጋ ናቱ ብምኻኑ ነዚ ሥርዓት እዚ ብሥጋ ፈጸመ። ፊል 2፡5-9
፷፱ ወለሊሁ ዓዲ ዘከመ ሥርዓተ ህላዌ መለኮቱ ዘኢይትረከብ ያጸግብ ኵሎ	29 ንዘይምርመር ባህርየ መለኮት ከምዝግባእ ድማ ንሱ ኅብስቲ ኣበርኪቱ ንኵሉ

ዘቄርሎስ ም. ፸ ም. ፸፩	ዘቄርሎስ ም. 70 ም. 71
ኢይርኀብ ወኢይጸምእ ወኢይደክም ወኢይነውም ኢየሐምም ወኢይመውት ወይሁብ ሕይወተ ለኵሉ። ኢሳ ፶፡፷፮።	የጽግብ። ኣይጠምን፡ ኣይጸምእን፡ ኣይደክምን፡ ኣይድቅስን፡ ኣይሓምምን ኣይመውትን፡ ንኵሉ ሕይወት ይህብ። ኢሳ 40፡28።
፴ ወካዕበ ወረደ ውስተ መካናት እንተ መትሕተ ምድር ከመ ያግዕዝ ነፍሳተ ሰብእ እለ ሀለዋ ህየ ወሜወወ ሲኦለ በመለኮቱ ወካዕበ ውእቱ መልዕልተ ኵሉ ሰማያት ወፀዱ ውእቱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘበአሐዱ ህላዌ መለኮት ወፀዱ ውእቱ ምስለ ትስብእት ዘነሥኦ እምእጓለ እመሕያው ወረሰዮ ፩ደ ህላዌ ምስለ መለኮቱ።	30 ከምኡ ውን ነቶም ኣብ ሲኦል ተኣሢሮም ዝነበሩ ነፍሳት ንከድኅን ብኣካለ ነፍስ ናብ ሲኦል ወረደ። ብመለኮቱ ውን ንሲኦል ማረኻ። ከምኡ ድማ ንሱ ልዕሊ ኵሉ ሰማያት እዩ፡ ብሓደ ባህርየ መለኮት ጸኒዖም ካብ ዝነበሩ ካብቶም ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እዩ። ምስቲ ካብ ሰብ ዝወሰዶን ምስ መለኮቱ ኸኣ ሓደ ዝገበሮን ሥጋ ሓደ እዩ።
፴፩ ወነበረ በየማነ አብ እስመ ወልድ ዋሕድ ውእቱ ባሕቲቱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ እጓለ እመሕያዊ ዘተዋሐደ ቦቱ እምአመ ጎደረ ውስተ ማኅፀን ወበዝንቱ ኵሉ ኢተወለጠ ወኢይትመዋዕ እምኵሉ ሠራዊት እለ ውስተ አርያም በልዕልና ህላዌ መለኮቱ ዘህልው እምቀዲሙ ምስለ አብ ዘተወልደ እምኔሁ እንበለ ፍልጠት ወመንፈሱ ቅዱስ በፀዱ ዕሪና መለኮት ። ፩ቆሮ ፪፡፮-፲። ሮሜ ፲፩፡፴፫-፴፮። ኢሳ ፶፡፲፫።	31 ማዕረ **አብ** ከኣ ተቐመጠ። እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ማኅፀን ካብ ዝጎድር ጀሚሩ፡ ምስቲ ዝተዋሓዶ ካብ ባህርየ ሰብ ዝተረክበ ሥጋ ሓደ ገዚኑ ወልድ ጥራይ ስለገዚኑ እዩ። እዚ ኵሉ ክኸውን ከሎ ኣይተለወጠን። ነቲ ብዘይ ምፍላይ ምስ ዝወለዶ **አብን** ምስ መንፈስ ቅዱስን ብሓደ መለኮት ትኽክልነት፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብዝነበረሉ ልዑል ባህርየ ጐይትነቱ፡ እቶም ኣብ ልዕ ልና ዘለዉ ኵሎም መላእኽቲ ኣይምርም ርዎን እዮም። 1ይ ቆሮ. 2፡6-10, ሮሜ 11፡33-35, ኢሳ. 40፡13።
፴፪ በዝንቱ ትምህርት ይገሥፅ ዘይሚህር ሰብአ እምቅድመ ይባኡ ውስተ ኀርየት ከመዝ ይትመሀሩ ከመዝ ይትአመኑ ወከመዝ ይእመኑ ወከመ ይጠመቁ በስመ ሥሉስ ቅዱስ ወይእመኑ ዘይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት እንተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት በእንተ ተዋሕዶተ መለኮት ዘሥሉስ ቅዱስ። ማቴ ፳፰፡፲፱። ፩ጢሞ ፬፡፲፩-፲፮። ዮሐ ፳፡፴፩።	32 እቲ ዝምህር፥ ቅድሚ ምጥማቐም ነቶም ሰባት ነዚ ትምህርት'ዚ ይምሃር። ከምዚ ይመሃሩ። ከምዚ ውን ይእምኑ። ከምዚ ኢሎም ውን ይተኣመኑ። ከምዚ ኢሉም ብስም ሥላሴ ኣሚኖም ይጠመቐ። ሓዋርያት ዝመሃርዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ትቐበለን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዛዕባ ናይ ሠለስተ ኣካላት መለኮት ሓደ ከምዝኾነ፡ ዝጠቐስኡ ኵሉ ይእመኑ። ማቴ 28፡19።1ይ ጢሞ 4፡11-16።ዮሓ 20፡31።
፴፫ ወዓዲ ዘይቤላ በእንተ ፍጥረት ዘላዕሉ ወታሕቱ እመኒ መላእክት ወእመኒ መናፍስተ ሰብእ ወኵሎሙ ነቢያት	33 ብተወሳኺ ውን ብዛዕባ መላእኽቲ ኮኑ ሰባት ብዛዕባ፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ፍጥረታት ዝበልኡ፡ ከምኡ ውን ኵሎም ነቢያት

ዘቂርሎስ ም. ፎ፡ ፎ፩	ዘቂርሎስ ም. 70 ፡ 71
ዘተናገሩ በበዘመኖሙ ወበበነገዶሙ ዘነበቡ በመንፈስ ቅዱስ ዘመለኮት በኵሉ ጊዜ ነአምን እስመ ኵሉ ዘነበቡ ጽድቅ ውእቱ ወዳእሙ ኢናበጽሕ አእምሮቶ። ፪ጴጥ ፩፡፳-፳፩።	በብዘመኖምን በብዓሌቶምን ዝበልዎን፡ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስ ኃዲርዎም ኵሉ ሳዕ በብጊዜኡ ዝተዛረብዎን ንኣምን ኢና። ከመይ ኵሉ እቲ ዝበልዎ ሓቂ እዩ። ግና ኽ መርሚርና ምፍላጥ ኣይከኣለናን እዩ። 2ይ ጴጥ 1፡20-21።
፴፬ ዘንተ ኵሎ መሀሩ ሰብኣ በተግሣፅ ቅዱስ እምቅድመ ይንሥኡ ጥምቀተ ቅድስተ ዘእምነ ማይ ወመንፈስ በስመ ሥሉስ ዕሩይ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ለሙቱ ስብሐት ለዓ ለመ ዓለም አሜን።	34 ነታ ካብ ማይን ካብ መንፈስን እትርከብ፡ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ብዝኾነ ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እትወሃብ፥ ክብርቲ ጥምቀት ቅድሚ ምቕባሎም፥ ብሠናይ ነገር ኮይንኩም ነዚ ትምህርት'ዚ ንኵሉ ሰብ መሃሩ። ክብርን ምስጋናን ንዘለዓለም ናቱ እዩ ኣሜን።
ምዕራፍ ፎ፩ ክፍል ፫	ምዕራፍ 71 ክፍሊ 3
፩ ድርሳን ዘደረሰ ወነበበ ቅዱስ ቄርሎስ በእንተ ቅድስት ሥላሴ መሀሩነ አበዊነ ቅዱሳን ከመ ንእመን በ፩ዱ አምላክ አኃዜ ኵሉ ብሉየ መዋዕል ዘአልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት።	1 ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ ዝተዛረቦ ድርሳን እዚ እዩ። ጥንት ኮነ ፍጻሜ ብዘይብሉ፡ ቅድሚ ዘመናት ብዝነበረ፡ ንኵሉ ብዝፈጠረን ብዝገዝእን ብሓደ ኣምላኽ ንክንኣምን፥ እቶም ቅዱሳን ኣቦታትና (ሓዋርያትን 318 ሊቃውንትን) ምሂሮምና እዮም።
፪ አብ ፩ዱ ፍጹም በአካሉ ወወልድ ፩ዱ ፍጹም በአካሉ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ ፍጹም በአካሉ ወአኮ እሉ ከመ መዓርገ መንግሥት አላ ፩ዱ መለኮቶሙ ወ፩ዱ ምኵናኖሙ ወ፩ዱ ሥምረቶሙ ወ፩ዱ ፈቃዶሙ ወ፩ዱ ምልክናሆሙ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር ፈጣሬ ሰማያት ወምድር ወባሕር ወኵሎ ዘውስቴቶሙ። ዘፍ ፩፡፩-፪። መዝ ፶(፵፱)፡፮። ፹፩(፹)፡፮-፯። ፻፴፭(፻፴፬)፡፮ ። ሮሜ ፩፡፳።	2 እብ ብኣካሉ ፍጹም ሓደ እዩ። ወልድ ውን ብኣካሉ ፍጹም ሓደ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ብኣካሉ ፍጹም ሓደ እዩ። እዚኣም ሠለስቲኣም ከም መዓረገ መንግሥቲ ኣይኮኑን። ባህሪኣም ሓደ፡ ኣገዛዝኣም ሓደ፡ ሓሳቦም ሓደ፡ ፍቓዶም ሓደ፡ ኣምላኽነቶም ሓደ እዩ ደኣ እምበር። ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኦም ዘሎ ኵሉን ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ሓደ እዩ። ዘፍ. 1፡20-27, መዝ 50(49)፡6, 81(80)፡ 8-10, 135(134)፡6, ሮሜ 1፡20።
፫ ወበደኃሪ መዋዕል ሶበ ተፈነወ ገብርኤል መልአክ ኀበ ማርያም ድንግል ንጽሕት ወአብሠራ እንዘ ይብል ሰላም ለኪ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ሶቤሂ ወረደ ቃል ውስተ ማኅፀና በሰሚዐ ዕዝን ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ እንዘ ኢይት	3 ኣብቲ ዳጎራዋይ ዘመን ውን ገብርኤል መልኣኽ ናብ ንጽሕቲ ድንግል ማርያም ምስ ተላእኸ፥ ጸጋን ክብርን ዝተመላእኺ ድንግል እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍሰኺ ነፍስ ወሲዱ ሰብ ስለዝኾነውን፡ ክብሪ ንኣኺ ይግባእ ኢሉ ምስ ነገራ፡ ሽዑ ከይተወሰነ ብዘይምርመር ግብሪ ብዘይ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፩	ዘቂርሎስ ም. 71
ገመር በዘኢይጤየቅ። ሉቃ ፩፡፳፮-፴፬።	ዘርኢ ሰብኣይ፡ ብምስማዕ ጥራሕ ቃል ኣብ ማኅፀና ኃደረ። ሉቃ 1-26-39።
፬ በከመ ጽሑፍ ጥበብ ሐነፀት ላቲ ቤተ ወአስተሳመክቶ በኂተ አዕማድ ጥበብሰ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ወቤትሂ ዘሐነፀቶ ሥጋሁ ዘነሥአ እምድንግል ዘውእቱ ትስብእት ወኂቱ አዕማድ ኂቱ መጻሕፍተ ኪዳን ሐዲስ እሙንቱ ወእምይእቲ ሰዓት ኮነ ክርስቶስ በ፩ዱ ህላዌ አምላክ ወሰብእ እንዘ ኢይትፈለጥ በ፩ዱ አካል። ምሳ ፱፡፩። ማቴ ፲፩፡፲። ኤፌ ፫፡፲-፲፪።	4 ‘ጥበብ ንርእሳ ቤት ሐነፀት፡ ብሾብዓተ ኣዕኑድ ውን ኣጽንዓቶ፡’ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፡ ጥበብ ዝተባህለ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ‘ዝሐነፀቶ ቤት’ ዝተባህለ ድማ ካብ ድንግል ፈጢሩ ዝተዋሓዶ ሥጋኡ እዩ። እዚ ኸኣ ብነፍስን ብሥጋን ፍጹም ዝኾነ ትስብእቱ እዩ። ‘ሾብዓተ ኣዕኑድ’ ዝተባህሉ ድማ ሾብዓተ ናይ ሓዲስ መጻሕፍተ ኪዳን (ሕጊ) እዮም። ካብታ ሰዓት እቲኣ ጀሚሩ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ፡ ሰብ ተባሂሉ ከይተፈልየ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ። ምሳ 9፡1, ማቴ 11፡20, ኤፌ 3፡10-12።
፭ በከመ ጽሑፍ ዘውእቱ አርአያ ገጹ ለእግዚአብሔር አኮ ሐይዶ ዘኮነ እግዚአብሔር አላ አትሐቶ ርእሶ ወነሢኦ አርአያ ገብር። ፊልጵ ፪፡፮-፯።	5 ንእግዚኣብሔር **ኣብ** ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻሸሎ ንሱ፡ መንዚዑ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኣይኮነን። ርእሱ ትሕት ኣቢሉ ንባህርይ ባርያኡ (ኣዳም) ናቱ ገበረ እምበር፡ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ እዩ። ፊል 2፡6-7።
፮ ወመለኮቱሰ ይመልእ ሰማየ ወምድረ እንዘ ሀሎ ውስተ ከርሣ ለድንግል በአርአያ ንኡስ ዘሀሎ ውስተ ከርሠ ድንግል ከመ ወልደ እጓለ እመሕያው ልሕቀ በበሕቅ ከመ ኵሉ ሰብእ እስከ ተፈጸመ ሎቱ ፱ቱ አውራኁ ለትስብእቱ። ሉቃ ፪፡፬-፯።	6 መለኮትሲ፡ ከም ሰብ ኣብ ማኅፀን ድንግል ከሎ፡ ናይ ዕለት ዕንሲ ኮይኑ ውን ኣብ ማኅፀን ድንግል ከሎ ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ። 9ተ ወርኀን 5ተ መዓልትን ናይ ዕንሱ ኣዋርኅ ክሳዕ ዝፍጸም ውን ከም ኵሉ ሰብ በብንእሽቶ ዓበየ ። ሉቃ 2፡4-7።
፯ ወእምዝ ወለደቶ ለቃለ እግዚአብሔር በሥጋ ዘነሥአ እምኔሃ ወጠብለለቶ ወወደየቶ ውስተ ጎል በከመ ጽሑፍ እስመ ኵሉ ፍጹም መለኮቱ ኀደረ በሥጋ ሰብእ ወልሕቀ በበሕቅ በአካል ወበጥበብ ወበጸጋ እስከ ተፈጸመ ፴ ዓመት ኃሊኡ ትስብእተ ፍጹመ። ሉቃ ፪፡፶፪። ፫፡፳፫። ቈላ ፪፡፱።	7 ብድኅር'ዚ ውን እግዚኣብሔር ቃል፡ ካብኣ ብዝወሰዶ ሥጋ ወለደቶ። ብጨርቂ ጠቕሊላ ኣብ ደምበ ኣደቀሰቶ። ‘ፍጹም መለኮቱ ናይ ሰብ ሥጋ ተዋሓደ፡’ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፡ ሰብ ኮይኑ 30 ዓመት ክሳዕ ዝገብር ብኣካልን ብጥበብን ብሕዋሳት ምጽናዕን በብንእሽቶ ዓበየ። ሉቃ 2፡52። 3፡23። ቈላ 2፡9።
፰ ወአኮ መለኮት ዘልሕቀ በበሕቅ እስመ ይመልእ ሰማየ ወምድረ እፎ ይልሕቅ በበሕቅ ዘይመልእ ኵሎ በላዕሉሂ ወበታሕቱሂ አላ ሐሰበ ሎቱ ዘንተ እስመ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋ ኀቡረ።	8 በብንእሽቶ ዝዓበየ መለኮት ኣይኮነን። ከመይ ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ። ኑቲ ኣብ ኵሉ ሰማይን ምድርን ምሉእ ዝኾነ፡ ከመይ ኢልካ ዓበየ ይበሃል: ምስቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፩	ዘቂርሎስ ም. 71
መዝ ፻፫(፻፪)፡፳፪። ኢሳ ፷፮፡፩። ግብ ሐዋ ፯፡፵፱።	ስለዝኾነ በብንእሽቶ ምዕባይ ገንዘቡ ገበረ ደኣ እምበር። መዝ 103(102)፡22። ኢሳ 66፡1። ግብ ሐዋ 7፡49።
፱ ወተመከረ በኵሉ ዘከማነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ርኅበ ወጸምአ ደክመ ወኖመ በልዐ ወሰትየ በከየ ወተከዘ ወተህውከ ሐመ ወሞተ ወተገንዘ ወተወድየ ውስተ መቃብር ዘንተ ኵሎ ተወክፈ በእንቲኣነ በፈቃዱ እግዚአብሔር ቃል በሥጋ ዘተዋሐደ ቦቱ።	9 ብዘይካ በይና ኃጢኣት ከማና ብኵሉ ሥራሕ ተፈተነ። ጠመየ፡ ጸምአ፡ ደኸመ፡ ደቀሰ፡ በልዐ፡ ሰተየ፡ ለኸየ፡ ተከዘ፡ ኃዘነ፡ ሓመመ፡ ሞተ፡ ተገንዘን ኣብ መቓብር ተቐብረን። እግዚኣብሔር ቃል ቦቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ምእንታና ንኵሉ ናቱ ገበረ።
፲ ወመለኮቱሰ ጥዑይ ወርኑቅ እምኵሉ ዘይዳደቅ በከመ ጽሑፍ ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ ወአመሂ ተንሥአ እግዚአብሔር እምነ ምውታን በሣልስት ዕለት ኮኑ ፭ደ መለኮት ወትስብእት በተዋሕዶ ዘምሉእ ስብሐተ በከመ ጽሑፍ እስመ እግዚአብሔር አንሥኦ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እምነ ምውታን ። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬። ፭ቆሮ ፲፭፡፲፭። ፭ጴጥ ፫፡፲፱።	10 መለኮት ግና ካብ ኵሉ መከራ ዝረሓቐ እዩ። ብመለኮት ሕያው ክኸውን ከሎ ብሥጋ ሞተ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፡ እግዚኣብሔር ካብ ምዉታን ተፈልዩ ኣብ ሣልስቲ ምስ ተንሥአ፡ ብጕይትነት ምሉእ ብዝኾነ ተዋሕዶ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ኾኑ። እግዚኣብሔር ንጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ፈልዩ ኣተንሥኦ ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ። ግብ ሐዋ 2፡24። 1ይ ቆሮ 15፡15። 1ይ ጴጥ 3፡19።
፲፩ ተሰቅለ በድካም እንዘ ሕያው በኃይለ እግዚአብሔር ወእምድኅረ ትንሣኤሁ እምነ ምውታን ኢይረክቦ ሞት እንከ እስመ ሶበ ተሰብሐ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ አሜሃ ተዘከሩ አርዳኢሁ በከመ ጽሑፍ ዝንቱ በእንቲአሁ ። ዮሐ ፪፡፳፪። ፪ቆሮ ፲፫፡፬።	11 ብኃይሊ እግዚኣብሔር ሕያው እንከሎ ደኺሙ ተሰቐለ። ካብ ምዉታን ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሣኡ ውን ዳግማይ ሞት የብሉን። ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተንሢኡ ብክብሪ ኣብ ዝተገልጸሉ ጊዜ፡ ሽዑ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ብዛዕባኡ ከም ዝተጻሕፈ ፈለጡ። ዮሓ 2፡22። 2ይ ቆሮ 13፡4።
፲፪ አኮ መለኮት ዘተሰብሐ በጸጋ እስመ ኵለንታሁ ስብሐት እፎኑ ይሴባሕ ስብሐተ አላ በሥጋ ዘነሥአ እምድንግል ወአንሥኦ እሙታን ተሰብሐ ወይሴባሕኒ እስመ ውእቱ ዐርገ ውስተ ሰማይ ወነበረ በየማነ አብ።ዮሐ ፭፡፲፬። ፪፡፲፱። ፲፪፡፳፫-፴። ፲፫፡፴፭-፴፮።	12 ብክብሪ ተገልጸ ዝተባህለ መለኮት ኣይኮነን። ኵለንትና ኣካሉ ኵለንትና ባህሪኡ ክብሪ እዩ እሞ ከመይ ኢልካ ከበረ ይበሃል፡ ካብ ድንግል ብዝወሰዶን ካብ ምዉታን ፈልዩ ብዝተንሥአን ሥጋ ከበረ ተባህለ እምበር። ሕጅ ውን ብክብሪ ክግለጽ እዩ ተባህለ ደኣ። ምክንያቱ ናብ ሰማይ ስለ ዝዓረገን ምስ አብ ማዕረ ኮይኑ ስለዝተቐመጠን እዩ። ዮሓ1፡41። 2፡19። 12፡28-30። 13፡31-33 ።

ዘቂርሎስ ም. ፍ፩	ዘቂርሎስ ም. 71
፲፫ ወካዕበ ይመጽእ በሥጋሁ በደኃሪት ዕለት ከመ ይኰንን ኵሉ ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ ወለእለሰ ጸንዑ በሃይማኖት ርትዕት ይሬስዮሙ በየማኑ ምስለ ነቢያት ወሐዋርያት ወሰማዕት ወምስለ ኵሎሙ እለ አሥመርዎ ወለእለሰ ተግኀሡ እምሃይማኖት በእንተ ተውዳሰ ሰብእ ከንቱ ይሬስዮሙ በጸጋሙ ምስለ አይሁድ ወምስለ ኵሎሙ ዐላውያን ወእሉ የሐውሩ ውስተ ኵነኔ ዘለዓለም። ማቴ ፳፭፡፴፩-፴፮። ግብ ሐዋ ፩፡፲፩። መዝ ፷፱(፷፩)፡፲፪። ሮሜ ፪፡፭-፲።	13 ብዳጎራይ ዘመን ንኵሉ ክገዝእ፡ ንኵሉ ውን ክፈርድ ዳግማይ ብሥጋ ክመጽእ እዩ። ንኵሉ ውን ከከም ግብሩ ክኸፍሎ እዩ። ነቶም ብቕንዕቲ ሃይማኖት ዝጸንዑ ምስቶም ዘሥመርዎ ነቢያት፡ ሐዋርያት፡ ሰማዕታት ኵሎም አብ መንግሥተ ሰማያት ብኽብሪ ከንብሮም እዩ። ውዳሴ ከንቱ ብምፍታው ካብ ሃይማኖት ንዝወጹ ግና ምስ አይሁድን ምስ ኵሎም መፍረስቲ ሕግን አብ ገሃነም ብሥቓይ ከንብሮም እዩ፡ ናብቲ ናይ ዘለዓለም ኵነኔ ውን ክኸዱ እዮም። ማቴ 25፡31። ግብ ሐዋ 1፡11። መዝ 62(61)፡12። ሮሜ 2፡6-10።
፲፬ ወቦ ዘበኢያእምሮቶሙ ይሬስይዎ ለክርስቶስ ፪ኤ ህላዌ እንዘ ይብሉ እስመ መለኮት ተፈልጠ እምትስብእቱ ጊዜ ይርኀብ ወይጸምእ ጊዜ የሐምም ወይደክም ሶበሰ ህልው መለኮቱ ምስሌሁ እምገብረ ኃይላተ ወእለ ይብሉ ከመዝ ፍሉጣን እሙንቱ እምሃይማኖተ ክርስቲያን ርትዕት ።	14 ‘ምስ ጠመየ፡ ጸምአ፡ ሓመመን ደኸመን መለኮት ካብ ትስብእት ተፈልየ÷ መለኮት ተዋሒድዎ እንተዝነብርሲ ግሩም ድንቂ ሥራሕ ምሥርሐ ነይሩ’ እናበሉ ሰኣን ፍልጠቶም ንክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ እዩ ዝብሉ ኣለዉ። እዞም ከምዚ ዝብሉ ካብዛ ቅንዕቲ ሃይማኖተ ክርስቲያን ዝተፈልዩ እዮም።
፲፭ ንሕነሰ ንትአመን በ፩ዱ ህላዌ እንበለ ፍልጠት ወዳእሙ በፈቃዱ ረሰየ ሥጋሁ ሐማሜ ከመ ኢየሐልዩ ሰብእ እስመ ሥጋሁ ዘነሥአ ምትሐት ውእቱ ወአኮ ሥጋ ዘበአማን ወበእንተ ዝንቱ ረሰዮ ይሕምም። ኢሳ ፶፫፡፪-፬። ዮሐ ፲፡፲፰። ሉቃ ፳፬፡፲፱-፳፩።	15 ንሕና ግና ብዘይምፍላይ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ኢና ንኣምን። ግና ብፍቓዱ ሥጋኡ መከራ ከምዝቐበል ገበረ። ሰባት እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ምትሓት እዩ ሓቀኛ ሥጋ ኣይኮነን ምእንቲ ከይብልዎ÷ በዚ ከምዝሓምም ገበሮ። ኢሳ 53፡2-4። ዮሓ 10፡18። ሉቃ 24፡19-21።
፲፮ ወኢኀደገ ነፍሶ ውስተ ሲኦል ወኢርእየ ሥጋሁ ሙስና ወኢተፈልጠ መለኮቱ እምክልኤሆሙ አላ ኵለንታሁ ኮነ ምስለ ነፍስ ውስተ ሲኦል ወአብሠረ ለጻድቃን በውስተ ሲኦል ወኵለንታሁ ኮነ ምስለ ሥጋ ውስተ መቃብር እስመ ህልው ውእቱ በኵሉ መካን ኢይትመዋዕ ወኢይትረከብ መለኮት በሕማም ። መዝ ፲፮(፲፭)፡፲። ፹፰(፹፯)፡፫-፮። ግብ ሐዋ ፪፡፳፯። ፩ጴጥ ፫፡፲፱-፳።	16 ንነፍሱ ኣብ ሲኦል ኣይኃደጋን፡ ሥጋኡ ውን ሙስና መቓብር ኣይረኣየን። መለኮት ግና ካብ ሥጋን ነፍስን ኣይተፈልየን። ኵለንትናኡ ምስ ነፍሲ ኣብ ሲኦል ነበረ። ኣብ ሲኦል ውን ንጻድቃን ብሥራት ኣበሠረ። ኵለንትናኡ ውን ምስ ሥጋ ኣብ መቓብር ነበረ፡ ከመይ ኣብ ኵሉ ቦታ ምሉእ ስለዝኾነ። መለኮት ብሕማም ኣይሰዓርን እዩ። ንሕማም ውን ኣይርከብን እዩ። መዝ 16(15)፡10። 88(87)፡3-6። ግብ ሐዋ 2፡27። 1ይ ጴጥ 3፡19-20።

ዘቂርሎስ ም. ፍ፩	ዘቂርሎስ ም. 71
፲፯ ወካልአን ይቤሉ በኢያእምሮቶሙ በእንተ ትስብእቱ ለቃል ከመ ውእቱ ኢነሥአ ፍጹመ ትስብእተ አላ እግዚአብሔር ቃል ኀረዮ ከመ ሰብእ ወዓዲ ይብሉ ከመ ቃል ሐመ ወሞተ ወአብ አንሥአ ወእለ ይነብቡ ዘንተ ኢየአምሩ ወያበጽሑ ሞተ ለሥላሴ ።	17 ካልኦት ውን ሰኣን ፍልጠቶም ብዛዕባ ቃል ሰብ ምኻኑ ክዛረቡ ከለዉ፥ ነፍስን ሥጋን ኣይወሰደን፡ እግዚኣብሔር ቃል ከም ዕሩቕ ብእሲ መሪጹ ኃደሮ እምበር ይብሉ። ከምኡ ውን ቃል ብባህርዩ ከም ዝሓመመ ከምዝሞተ አብ ከኣ ከም ዘተንሥኦ ይዛረቡ። እቶም ነዚ ዝብሉ፥ ‘ሠለስቲኦም(ሥላሴ) ሞይቶም’ ከምዘስምዕ ኣይፈልጡን እዮም።
፲፰ እመሰ እግዚአብሔር ቃል ሞተ ናሁ ዓዲ አብሂ ሞተ እስመ ለሊሁ ይቤ አነ በአብ ወአብ ብየ ወፎዱ ንሕነ ወካዕበ ይቤ ዘርአየ ኪያየ ርእዮ ለአቡየ ወዓዲ ይቤ ወዝንቱኒ ቃል ዘአነ ነገርኩክሙ አኮ ዘእምኀቤየ ዘነበብኩ ለልየ አላ ለሊሁ አብ ዘሀሎ ምስሌየ ውእቱ ይገብር ግብሮ። ዮሐ ፲፡፴፰፡፬-፲፩።	18 እግዚኣብሔር ቃል ብባህርዩ እንተ ሞይቱስ፡ እንሆ ከምኡ ውን አብ ሞተ፥ ምኽንያቱ ‘ንሱ ባዕሉ (ወልድ) ኣነ ኣብ አብ ህልው እየ፡ አብ ውን ኣባይ ህልው እዩ፡ ንሕና ሓደ ኢና’ ይብል። ከምኡ ድማ ‘ንኣይ ዝረኣየ ንኣቦይ ርኣየ’ ስለ ዝብል፥ እዚ ውን እቲ ኣነ ዝነገርኩኹም ቃል፡ ካብ ርእሰይ ኣንቂዐ ዝነገርኩኹም ኣይኮነን፡ ኣብ ህልውናይ ዘሎ አብ ንሱ ሥራሑ ይሠርሕ ኣሎ እምበር ይብል። ዮሓ 10፡30። 14፡9-11።
፲፱ ንሕነሰ ንትአመን እስመ በሥጋ ዘነሥአ እምህላዌነ ቦቱ ሐመ ወሞተ ወእግዚአብሔር ቃል ለሊሁ አንሥኦ ሥጋሁ እምነ ምውታን ወአኮ ካልእ ዘአንሥአ ወቦ እለ ይብሉ ኃዲጎሙ ትምህርተ አበዊነ ቅዱሳን እስመ ክርስቶስ ኢሐመ በከዮሉ ፍና ወኢሞተ ወኢተንሥአ ወበክሊሎቶሙ ዘንተ ያበጥሉ ኮሎ መጻሕፍተ መለኮት ወይሬስይዎሙ ሐሰተ ። ፪ጴጥ ፫፡፲፮።	19 ንሕና ግና ቦቲ ካብ ባህርይና ዝወሰዶ ሥጋ ከምዝሓመመ ከምዝሞተ ንኣምን። ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ውን ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ምውታን ፈልዩ ከም ዘተንሥኦ እምበር ካልእ ከምዘየተንሥኦ ንኣምን። ነቲ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝመሃሩና ትምህርቲ ኃዲጎም፥ ክርስቶስ ፈጺሙ ከም ዘይሓመመን ከምዘይሞተን ከምዘይተንሥኣን ዝዛረቡ ኣለዉ። ነዚ ብምዝራቦም ውን ኮሎም እቶም መለኮት ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ይልውጡ ኣለዉ፡ ሓሰውቲ ውን ይገብርዎም ኣለዉ። 2ይ ጴጥ 3፡16።
፳ ወለነሰ ትምህርትነ እሙንቱ መጻሕፍት ቅዱሳት ዘእግዚአብሔር ወመንፈስ ቅዱስኒ ተናገረ በሐዋርያት ወሰበከ በነቢያት እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ አምላክ ፍጹም ኢሐማሚ ወለሊሁ ብእሲ ፍጹም ሐማሚ ወፎዱ ህላዌ ውእቱ እንበለ ፍልጠት እመሰ ኢሐመ ወኢሞተ ወኢተንሥአ እፎኑመ ያነሥእ ካልአነ ። ፩ቆሮ ፲፪፡፫። ፩ጴጥ ፩፡፲፩።	20 ንኣና ግና እቶም እግዚኣብሔር ዘጽሓፎም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትምህርትና እዮም። መንፈስ ቅዱስ ውን ‘ክርስቶስ ዘይሓምም ፍጹም ኣምላኽ፡ ዝሓምም ፍጹም ሰብ ብዘይ ምፍላይ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ’ ክብል ኣብ ሓዋርያት ኃዲሩ ተዛረበ። ኣብ ሊቃውንት ኃዲሩ መሃረ። እንተ ዘይሓምም እንተ ዘይመውት እንተ ዘይትንሥእ ደኣ ንካልኦት ከመይ ገይሩ የተንሥእ፡ 1ይ ቆሮ 12፡3። 1ይ ጴጥ 1፡11።

ዘቁርሎስ ም. ፎ፩	ዘቁርሎስ ም. 71
፩ወእለሰ ይብሉ ዘንተ ይሬስይዎሙ ለመጻሕፍተ መለኮት ሐሰተ በኢያ እምሮቶሙ ይብሉ አልቦ አምላክ ወኢትንሣኤ ወኢመንግሥት ወኢቅስት ወኢኮነኔ ውእቱሰ ይገብር ኵሎ ዘከመ ክሂሎቱ በከመ ፈቀደ ።	21 ኣይሞተን ኣይተንሥአን እንተ በሉ ግና ነቶም መለኮት ዘጽሕፎም መጻሕፍቲ ሓሰውቲ ይገብርዎም። ቡቲ ሰኣን ፍልጠቶም ውን ኣምላኽ የልቦን፥ ትንሣኤ ኾነ መንግሥተ ሰማያት፥ ወቕሳ ኾነ ፍርዲ የልቦን ይብሉ። ንሱ ግና ከምቲ ከሃልነቱ ከም ዝፈተዎ ኵሉ ይገብር።
፪ንሕነሰ ንሰብክ ሕማማቲሁ መድኃኒተ ዘእግዚእ ክርስቶስ ማሕየዊ ወሞቶ ዘገብሮ በሥጋ በእንቲኣነ በፈቃዱ ወንትአመን ትንሣኤሁ ወንዜከር ዕርገቶ ውስተ ሰማያት ወንሴፎ አስተርእዮተ ዳግመ ዘቦቱ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ወአስ ተርእዮተ መንግሥቱ ዘለዓለም። ማቴ ፳፰፥፮። ግብ ሐዋ ፩፥፲፩።	22 ንሕና ግና ኖቲ ዝደኃንናሉ፥ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ዝተቐበሎ ሕማማትን ብፍቓዱ ምእንታና ብሥጋ ዝገበሮ ሞቱን ንምህር። ትንሣኤኡ ንኣምን፥ ናብ ሰማይ ምዕራጉ ውን ንምህር። ኣብ ልዕሊ ሕያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ዝመጸሉ ዳግማይ ምጽኣቱን፥ ንሱ ዘውርሳ ንዘለዓለም ዘይትኃልፍ መንግሥተ ሰማያት ከምዘሎን ንኣምን ኢና። ማቴ 28፥6። ግብ ሓዋ 1፥11።
፫ወቦ እለ ይብሉ በእንተ ቃል ዘጽሑፍ ውስተ አሪት ከመ ቦቱ ለእግዚአብሔር ሥጋ ቅድመ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ እግዚአብሔር ንግበር ሰብአ በአርአያነ ወበአምሳሊነ ወአምሳሊነሂ ዘይቤ በእንተ ሥጋሁ ለሰብእ ውእቱ ። ዘፍ ፩፥፳፮።	23 ኖቲ ኣብ ኦሪት ዝተጻሕፈ ቃል ምኽንያት ጌሮም፥ ንእግዚኣብሔር ቅድም ሥጋ ከምዝነበሮ ዝዛረቡ፥ በዚ ውን እግዚኣብሔር ንሰብ ብምስልና ንፍጠር ዝበለስ ብዛዕባ ሥጋ ሰብ እዩ ዝብሉ ኣለዉ። ዘፍጥ 1፥26።
፬ወአኮ ከማሁ አላ ውእቱሰ ይቤ በእንተ ብእሲነ ዘውስጥ እስመ ውእቱ ይትሐደስ ኵሎ አሚረ ወክሡተ ነገሩ እስመ ብእሲነ ዘአፍአ ሀለዎ ይሙት ወይማስን እስከ ትንሣኤ ወዘውስጥሰ ኢይመውት ወኢይጠፍእ ወኢይማስን ። ፪ቆሮ ፬፥፲፮።	24 ከምዚ ግና ኣይኮነን። ንሱስ ብዛዕባ ውሽጣዊ ሰብነት (ነፍስ) እዩ ዝተዛረበ። ከመይ ንሱ ኵሉ ሳዕ ብምሕዳስ ጸኒዑ እዩ ዝነብር። ኣፍኣዊ ሰብነትና (ሥጋ) ሞይቱ ክሳዕ ዝትንሥእ ክፈርስን ክብስብስን ከምዘለዎ ነገሩ ፍሉጥ እዩ። እቲ ውሽጣዊ ግና ኣይመውትን ኣይፈርስን ኣይብስብስን። 2ይ ቆሮ 4፥16።
፭ወለእመ ኮነ ድልወ ይወስድዎ ውስተ መንግሥት ወይሄሉ ህየ ዘልፈ እንበለ ኀልፈት ወለእመ ኢኮነ ድልወ ይወስድዎ ውስተ ኵነኔ ወይሄሉ ህየ ለዓለም እንበለ ማኅለቅት። ማቴ ፳፭፥፵፮።	25 ብቐዕ እንተኾነ ናብ መንግሥተ ሰማያት ይወስድዎ፥ ምውጻእ ዘይብሉ ኣብኡ ኵሉ ጊዜ ይነብር። እንተ ዘይበቐዐ ግና ናብ ገሃነም ይወስድዎ፥ ፍጻሜ ዘይብሉ ኣብኡ ንዘለዓለም ይነብር። ማቴ 25፥46።
፮ወበጸጋ ንተረጉም ዘንተ ቃለ እስመ ሶበ ይገብር ሰብእ ምግባረ ሠናይ ዘያሠምሮ ለእግዚአብሔር ይከውን	26 ‘ሰብ ንእግዚኣብሔር ዘሐጉስ ሠናይ እንተገበረ ንእግዚኣብሔር ከምዝመስል’ እግዚኣብሔር ገሊጹልና ነዚ ቃል’ዚ ንትርጉሞ ኣሎና። ከምቲ ንምድራዊ ኣዳም ዝመሰልና፥ ንሰማያዊ

ዘቂርሎስ ም. ፷፪	ዘቂርሎስ ም. 72
አምሳለ እግዚአብሔር በከመ ጽሑፍ ወበከመ ለበስነ አምሳሊሁ ለብእሲ ምድራዊ ሀለወነ ንልበስ አምሳሊሁ ለብእሲ ሰማያዊ። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፱።	ክርስቶስ ድማ ክንመስል ኢና ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ። 1ይ ቆሮ 15፡49።
፳፯ ወዳእሙ ብእሲሰ ዘኀቡእ ዘልብ መንፈስ ውእቱ ዘኢይማስን ወዓዲ ለብእሲ ኀቡእ ገብሮ እግዚአብሔር በጸጋ ዘከመ አምሳለ እግዚአብሔር እስመ እግዚአብሔር ኢኮነ ሥጋ ወኢይትገመር ወውእቱ እሳት ወብርሃን ኢይቀርቦ መኑሂ ወኢይረክቦ ሕሊና ወኢይትረአይ ይከድን ሰማየ እምላዕሉ ወይከድን ምድረ እምታሕቱ።	27 ውሽጣዊ ሰብነት ግና ዘይልወጥ ፍልጠት ዘለዎ ነፍሲ እዩ። ከምኡ ውን እግዚአብሔር ነቲ ኣብ ሥጋ ተሠዊሩ ዘሎ ነፍሲ ብለውሃቱ ንእግዚአብሔር ከም ዝመስል ጌሩ ፈጠሮ። እግዚአብሔር ጥንቱ ሥጋ ኣይኮነን፡ ኣይውሰንን ውን እዩ። ጐይታ ሓዊ እዩ፡ ብርሃን ውን እዩ። ሓደ እኳ ዝቐርቦ የለን። ሕሊና ውን ሓሲቡ መርሚሩ ኣይበጽሖን ዘይምርመር እዩ። ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ንሰማይ ይሸፍን፡ ኣብ ታሕቲ ኮይኑ ድማ ንምድሪ ይሸፍን።
፳፰ ወቦቱ ይቀውሙ ኵሉ ፍጥረት ሰማያት ወኵሉ ዘውስቴቶሙ ወምድርኒ ወኵሉ ዘላዕሌሃ እንለ እመሕያው ወእንስሳሂ ወአራዊት ወኵሎሙ እለ ይትሐወሱ ወአዕዋፍ ወዕፀው ገዳም ወባሕር ወአፍላግ ወኵሎ ዘውስቴቶሙ ቦቱ ይጸንዑ በከመ ይቤ መጽሐፍ እስመ ቦቱ ኵሉ ኮነ ። መዝ ፻፴፰(፻፴፯)፡፩-፲፩። ዮሐ ፩፡፫። ቈላ ፩፡፲፩-፲፰።	28 ኵሉ ፍጥረት፡ ሰማያትን ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ኵሎምን፡ ምድርን ኵሉ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ሰብ፡ ከብቲ፡ ኣራዊትን ኵሎም ዝንቀሳቐሱን፡ ኣዕዋፍን ናይ በረኻ ኣእዋምን፡ ባሕርን ኣፍላጋትን ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ኵሎምን ብእኡ እዮም ጸኒዖም ዝነብሩ። ከመይ፥ ‘ኵሉ ብእኡ ተፈጥረ’ ከምዝብል መጽሓፍ። መዝ 148 (147)፡1-14። ዮሓ 1፡3። ቈላ 1፡15-18።
፳፱ ስብሐት ለእግዚአብሔር አብ ወለወልዱ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ወለመንፈስ ቅዱስ ጸራቅሊጦስ ሥሉስ ዕሩይ ዘኢይትሌለይ ለግሙራ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	29 ነቲ ፍጹም ምፍልላይ ዘይብሉ ብባህርይ ሓደ ብኣካል ሠለስተ ዝኾነ፥ ንእግዚአብሔር ኣብን ንሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን ንዘንጽሕ መንፈስ ቅዱስን ክብርን ምስጋናን ይግባእ ሎምን ንኵሉ ሳዕን ንዘለዓለምን አሜን።
፴ ወቦ እለ ይብሉ ዘይትሜጠ እምሥጢራተ ቅድሳት ቅድመ ኀሩይ ውእቱ ፈድፋደ እምዘይትሜጠ ድኅረ ወእለ ይብሉ ዘንተ ይከፍልዎ ለፈዳዱ ሥጋ ክቡር ዘእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ክፍል ይነብቡ ወኢየአምሩ ወይብሉ ከመ ቦቱ ክፍል ኀሩይ ውእቱ ዘቅድም ወደኃራዊሰ ሕፁፅ ውእቱ በጸጋ ወዝንቱ ነገር ኃጢአት ወጌጋይ ውእቱ ጥቀ ።	30 ካብቲ ድኂሩ ሥጋኡን ደሙን ዝቐበል ሰብ፡ ዝያዳ እቲ ቅድም ዝቐበል ክብሪ ብምርካብ ይበልጽ፥ ዝብሉ ኣለዉ። እዞም ከምዚ ዝብሉ፥ ነቲ ክቡር ሓደ ዝኾነ ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ክልተ ይኸፍልዎ ኣለዉ። ይዛረቡ ግና ምሥጢሩ ኣይፈልጥዎን እዮም። ፍልልይ ከምዘለዎ ጌሮም ‘እቲ ቅድም ዝተቐበልዎ ጸጋ ክብሪ ብምሃብ ይበልጽ፥ እቲ ደኃራዋይ ዝተቐበልዎ ግና ብኽብሪ ዝንእስ እዩ’ ይብሉ። እዚ ፈጺሙ ኃጢኣትን ክሕደትን እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፩ ፥ ፎ፪	ዘቂርሎስ ም. 71 ፥ 72
፴፩ ንሕነሰ ነአምን ከመ ፩ዱ ውእቱ ቀዳማይ ወደኃራይ ወለእመኒ ጐንደየ እምኔሁ ኢየሐፅፅ በምንትኒ እምጸጋ አላ ጽሑፍ እስመ ክርስቶስ ዘትማልም ወዮም ወክመ ውእቱ እስከ ለዓለም። ዕብ ፲፫፡፰።	31 ንሕና ግና እቲ ቅድም ዝተቐበልዎን ደኃራይ ዝተቐበልዎን ሥጋኡን ደሙን ሓደ ከምዝኾነ ንአምን። ነቶም ድኅሪት ዝተቐበሉ ካብቶም ቅድም ዝተቐበሉ ጸጋ ክብሪ ብምሃብ ፍጹም ኣይጐድልዩ። ከመይ 'ክርስቶስ ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ፡ ሎሚ ዘሎ፡ ንዘለዓለም ውን ዝነብር' ምኻኑ ተጻሒፉ ኣሎ። ዕብ 13፡8።
፴፪ ወዳእሙ ኢነሐሊ በአልባቢነ ከመ ካህናት እለ የዐርጉ ምሥጢራተ እሙንቱ ያስተዳልውዎ ለነ አው ይመጥውዎ ለነ ኪያሁ አላ እሙንቱሰ ይገብሩ ግብረ መልእክት ዘከመ ክሂሎቶሙ ወእግዚእነ ክርስቶስ ውእቱ ዘይፈጽም ኵሎ ወውእቱ ዘይሜጥ ዖሙ ለእለ ይከውኑ ድልዋነ ሎቱ ።	32 እንተኾነ ግና እቶም ሥጋኡን ደሙን ዘዳልዉ ካህናት ባዕላቶም ኣኽቢሮም ለዊጦም ንእኡ ከምዝህቡና ብልብና ኣይንሕሰብ። ንሳቶምሲ ከምታ ዓቕሞም የገልግሉ፡ ንኵሉ ዝፍጽም ከኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ንዝበቐዑ ውን ሥጋኡን ደሙን ዝህቦም ንሱ እዩ።
ምዕራፍ ፎ፪ ክፍል ፬	**ምዕራፍ 72 ክፍሊ 4**
፩ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ ኀበ ዮሐንስ ተጋዳሊ በንጽሕ አበዊነ ቅዱሳን ጸሐፉ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስትስ ከመ ውእቱ ቃል ወወልድ ዋሕድ እመለኮተ አብ አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ፍጥረት ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ወተዐገሠ ይትወለድ በሥጋ እምብእሲት ወአስተርአየ በአምሳሊነ ዝውእቱ አምሳል ዘቦቱ ኮነ ሰብአ።	1 ደጊሙ ውን ናብቲ ብንጽሕና ተጋዳሊ ዝኾነ ዮሓንስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ቅዱሳን ኣቦታትና ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሱ ካብ ባህርይ **ኣብ** ዝተረኽበ ሓደ ወልድ ቃል ከምዝኾነ ተዛረቡ። ካብ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ኵሉ ዝተፈጥረሉ ንሱ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ካብ ድንግል ውን ብሥጋ ኽኸውለድ ፈተወ፡ ብባህሪና ውን ተገልጸ። ሰብ ዝኾነሉ ባህርይ እዚ እዩ።
፪ ፩ዱ ውእቱ አብ ወ፩ዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስትስ ዝውእቱ ቃል ዋሕድ ዘእምአብ ወዘኮነ ሰብአ ወኢተአተተ እምስብሐተ መለኮቱ ልዑል ዘሎቱ ወይሄሉ በትስብእቱ አምላከ ወውእቱ እግዚእ በአርአያ ገብር ወቦቱ ፍጹም መለኮት በአርአያ ንዴትነ።	2 **ኣብ** ሓደ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ሓደ እዩ፥ ንሱ ድማ ካብ **ኣብ** ዝተረኽበ ሓደ ቃል እዩ። ሰብ ኮነ። ካብቲ ናቱ ዝኾነ ልዑል ጐይትነቱ ኣይተፈልየን። ሰብ እኳ እንተኾነ ብኣምላኽነቱ ጸኒዑ ይነብር። እቲ ጐይታ ንሱ ብባህርይ ባርያ ተገልጸ። ቦቲ ንዴት ዝሰማምየ ባህሪና ከሎ፡ ፍጹም መለኮት ናቱ እዩ።
፫ ወእንዘ ውእቱ በድካመ ሥጋ እግዚአ ኃይላት ውእቱ ወእንዘ ውእቱ በዐቅመ እጓለ እመሕያው ቦቱ ልዕልና እምኵሉ	3 ብድኻም ሥጋ ተገሊጹ ከሎ፡ ናይ ኃያላት መላእኽቲ ጐይታ እዩ። ብመጠን ሰብ ብሓጢር ቁመት ብጸቢብ ደረት ከሎ ልዕሊ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፪	ዘቂርሎስ ም. 72
ፍጥረት ወቦቱ ህልው ግብረ ኵሉ ትስብእት እመንገለ ሥጋሁ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ለሊሁ እግዚአብሔር ዘበአማን ወወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ብርሃን ዘእምብርሃን ወሕይወት ወኃይል ነሥአ ዘኢዚአሁ ወቦቱ አስተርአየ በእንተ ሥርዓት ወሐሰበ ሎቱ ኵሎ ዘትስብእት በእንተ ሥጋ ዘኮነ ፩ደ ምስሌሁ በሥርዓት ጎቡእ ዘኢይትነገር ወሥጋሂ ሥጋ ውእቱ ወአኮ ዘካልእ።	ፍጥረት እዩ። ብሰብነቱ ብዘይካ ኃጢኣት ኵሉ ሰብነት ሥራሕ ናቱ እዩ። ሓደ ወዲ እግዚአብሔር ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ሕይወት፡ ኃይሊ ዝኾነ ንሱ እግዚአብሔር ባህርዩ ንዘይነበረ ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ስለዝኾነ ብሥጋ ተገልጸ። ብዘይ ምርመር ረቂቕ ተዋሕዶ ምስኡ ሓደ ዝኾነ ሥጋ ስለዝተዋሓደ ኵሉ ሥራሕ ሰብነት ናቱ ገበረ። ሥጋ ውን ገንዘቡ እዩ። ናይ ካልእ ኣይኮነን።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘለእስክንድርያ ኢተአተተ ቃል እምዘሀሎ ቦቱ ሶበ ኮነ ሰብአ ወሶበሂ አስተርአየ በአምሳሊነ ነበረ ቃል በዘሀሎ ቦቱ ።	4 እዚ ናይ እስክንድርያ ሓለቓ ኤጲስቆጶሳት ቅዱስ ቄርሎስ ደጊሙ ከምዚ በለ፡- ዋላ እኳ ሰብ እንተኾነ ካብቲ ዝነበሮ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ብናትና ባህርይ እኳ እንተ ተገልጸ፡ ቃል ቡቲ ኣቑዲሙ ብዝነበሮ ባህሪኡ ጸኒዑ ነበረ።
፭ ወኢነአምሮ ለክርስቶስ ከመ ብእሲ ውእቱ ቅድመ ወእምድኅረዝ ኮነ እግዚአብሔርሃ አላ አምላክ ውእቱ ቃል ቅድመ ወእምዝ ኮነ ሰብአ ከመ ናእምር እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ፩ዱ ውእቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	5 ክርስቶስ፡ ቅድም ሰብ ኮይኑ ብድኅሪኡ ኣምላኽ ኮነ ኣይንብልን። ቃል ብቕድሙ ኣምላኽ ነበረ፡ ድኅሪኡ ድማ ሰብ ኮነ እምበር። እዚ ኸኣ ንሱ ሓደ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ ንክንፈልጥ እዩ። ዮሐ 1፡1-14።
፮ ወእለሰ ይከፍልዎ ለክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ወይትሀበሉ ይበሉ እስመ ቃል እግዚአብሔር ኀርየ ብእሴ እምዘርአ ዳዊት ወተራከቦ ወወህቦ መዐርገ ወልድ ወረሰዮ ይትዐገሥ ስቅለተ ወይሙት ወይሕየው ወይዕርግ ሰማያተ ወይንበር በየማነ አቡሁ ከመ ይስግዱ ሎቱ ኵሉ ፍጥረት ወይርከብ ክብረ በተልዕሎቱ ኀበ እግዚአብሔር መቅድመ ኵሉ ያበጽሑ ፍልጠተ ኀበ ፪ቱ ወያጠውዩ ኃይለ ምሥጢር በኢያእምሮ ። ኢሳ ፷፱፡፷፩።	6 ንክርስቶስ ናብ ክልተ ዝኸፍሉ፡ 'እግዚአብሔር ቃል ካብ ዘርኢ ዳዊት ዕሩቕ ብእሲ መሪጹ ኃደሮ፡ ናይ ውልድነት ክብሪ ሃቦ፡ ከምዝስቀል ከም ዝመውት ከምዝትንሥእ ናብ ሰማይ ከም ዝዓርግ፡ ኵሎም ፍጡራን ምእንቲ ክሰግዱሉን ክግዝኡሉን ውን ምስ ኣብ ብማዕረ ከምዝቕመጥ፡ ናብ ኣብ ብምኻዱ ውን ክብሪ ከምዝረክብ ገበሮ' ኢሎም ደፊሮም ዝዛረቡ፡ ቅድሚ ብኣካል ምፍላይ ብባህርይ ምፍላይ የምጽኡ። ሰኣን ምፍላጦም ውን ምሥጢረ ተዋሕዶ ይልውጡ። ኢሳ 29፡21።
፯ ኢኮነ ክርስቶስ አምላክ እመንገለ ትስብእት በከመ እቤ ቅድመ አላ አምላክ ውእቱ ቃል ሥጋ ዘኮነ ወተትሕተ ከመ ናእምሮ እስመ	7 ከምቲ ቅድም ዝበልክዎ፡ ክርስቶስ ሰብ ብምኻኑ ኣምላኽነት ዝረኸበ ኣይኮነን። ሥጋ ዝተዋሓደ ቃል ኣምላኽ እዩ እምበር። ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ናይ ባህርይ

ዘቂርሎስ ም. ፷፪	ዘቂርሎስ ም. 72
እምቅድመ ትስብእቱ ቦቱ ፍጹም ስብሐተ መለኮት ዘህላዌ ።	ገንዘቡ ዝኾነ ፍጹም ክብሪ ጐይትነት ከምዘለዎ ንኽፈልጥ ሰብ ኮነ ።
፰ ኢኮነ ዕሩቀ ስብሐት ቅድመ ወእምድኅረዝ ዐርገ ኀበ ፍጻሜ ወዳእሙ ተትሕተ እንዘ ለሊሁ በስብሐት ዘኢይትነገር ወልዕልናሁ ለመለኮት ኢኮነ ትሑተ ወእምዝ ተለዐለ አላ ነሥአ አርአያ ገብር እንዘ ሀሎ በስብሐት።	8 ቅድም ክብሪ ዘይብሉ ነይሩ፡ ደኃር ብክብሪ ኣምላኽነት ዝኸበረ ኣይኮነን። ብዘይ ምርመር ጐይትነት ከሎ ደኣ ተዋረደ (ሰብ ኮነ) እምበር። ናይ መለኮት ልዑል ባህርይ ትሒቱ ነይሩ ደኃር ዝኸበረ ኣይኮነን። ብጐይትነት ከሎ ናይ ግዙእ ባህርይ ተዋሓደ እምበር።
፱ እስመ እግዚአብሔር ውእቱ ወአኮ ገብር ወተለዓለ ኀበ ስብሐተ እግዚአብሔር ወዳእሙ ነሥአ አርአያ ገብር እንዘ ሀሎ በ፩ዱ ዕሪና ምስለ አብ ወኢኮነ ሰብአ ወእምዝ ረከበ ብዕለ መለኮት ። ፊልጵ ፪፡፭-፱።	9 ከመይ ንሱ እግዚኣብሔር እዩ። ግዙእ ኮይኑ ነይሩ ናብ ክብሪ እግዚኣብሔር ዝበጽሐ ኣይኮነን። ምስ **ኣብ** ብሓደ ማዕ ርነት ከሎ ናይ ግዙእ ባህርይ ወሰደ እምበር። መለኮት ሰብ ኮይኑ ነይሩ ደኃር ክብሪ ዝረኸበ ኣይኮነን። ፊል 2፡7-9።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፲ ወካዕበ ተናገረ ቅዱስ ቄርሎስ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት ምንተ ይብሉ ዐላውያን አኮኑ ውእቱ አሐዱ እግዚአብሔር ዘበአማን ወአሐቲ ሃይማኖት።	10 ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ እዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዳግማይ ተዛረበ፥ መናፍቓን እንታይ ይብሉ ኣለዉ፧ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እግዚኣብሔር ሓደ ዶ ኣይኮነን ሃይማኖትሲ ሓንቲ ዶ ኣይኮነትን፧
፲፩ ለሊሁ ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ወኢተረክበ ቃል ብእሴ ወኢረሰዮ ዕሩየ ዕበዩ ወኢወሀበ ስብሐተ ወልድ ወምልክና በከመ ሐለዩ ወይቤሉ ብዙኃን በዕበዶሙ አላ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ዘእምእግዚአብሔር ብርሃን ዘእምብርሃን ኮነ ሥጋ ወኮነ ሰብአ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	11 ንሱ ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ እዩ። ቃል ኣብ ዕሩቅ ብእሲ ኣይኃደረን ብኽብሪ ውን ኣየመዓራረዮን። ብዙኃት ሰባት ቦቲ ድንቂርናኦም ከምዝብልዎ ብጎድረት ክብሪ ውልድነትን ኣምላኽነትን ኣይተዋህቦን። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተረኽበ እግዚኣብሔር ቃል ንሱ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ዮሓ 1፡1-14።
፲፪ ወበሞተ ዚአሁ ተጠመቅነ ሞተ በሥጋሁ ባሕቲቱ እንዘ ኢይመውት በመለኮቱ ወዘልፈ ለሊሁ ሕይወት ወልደ ሕይወት ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ከመዝ ተሞዐ ሞት ሶበ ተህበለ ዲበ ሥጋ ሕይወት ወከመዝ ቦቱ በጠለ ሙስና ወተነሥተ ሞት። ዮሐ ፩፡፬።	12 ብናቱ ሞት ከበርና፡ ብመለኮቱ ዘይመውት ብሥጋ ሞተ። ኮሉ ጊዜ ንሱ ወዲ ሕይወት፡ ሕይወት እዩ። እዚ ድማ ካብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ዝተወልዶ ልደት እዩ። ሥጋ ደፊሩ ናብ ሕይወት ምስ መጸ ሞት ብከምዚ ተሳዕረ። ምፍራስ ምብስባስ ብእኡ (ብክርስቶስ) ጠፍኣ፡ ሞት ውን ተሳዕረ። ዮሓ 1፡4።

ዘቂርሎስ ም. ፍ፱	ዘቂርሎስ ም. 72
፲፫ ይቤ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አማን አማን እብለክሙ እመ ኢበላዕክሙ ሥጋሁ ለወልደ እጓለ እመሕያው ወኢሰተይክሙ ደሞ አልብክሙ ሕይወት እስመ ሥጋሁ ቅዱስ ወደሙ ክቡር ለእግዚእነ ክርስቶስ ወህቤ ሕይወት ውእቱ ወአኮ ሥጋ ብእሲ ወኢረሰዮ ዕሩየ ምስለ ሕይወት በጎርየት በከመ አቅደምኩ ወእቤ አላ ሥጋሁ ለቃል በፅዱ ህላዌ። ዮሐ ፮፡፶፫-፶፯።	13 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ 'ሥጋ ወልደ እጓለ እመሕያው እንተ ዘይበላዕኩም ደሙ ውን እንተ ዘይሰተኩም ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከምዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ' በለ። ከመይ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን ሕይወት ዝህብ እዩ። ናይ ዕሩኽ ብእሲ ሥጋ ኣይኮነን። ኣቐዲመ ከምዝነገርኩኹም ምስ ሕይወት ምስ ቃል ብጎድረት ኣየመዓራረዮን። ሓደ ባህርይ ብምኻን ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ እዩ እምበር። ዮሓ 6፡53-57።
፲፬ ወዘንተ ይሔልዩ ምስሌነ ያታህሙ ለአበዊነ ንጹሐን መፍቀርያነ ክርስቶስ ወአብሂ አኃዜ መስቀል ወመንበረ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ዘቍስጥንጥንያ እጉነ ወሱታፌነ በኤጲስ ቆጶስና ላእከ እግዚአብሔር አብረቅሊስ ጸሐፈ ከመዝ ለኤጲስ ቆጶሳት ላእካነ እግዚአብሔር እለ ሀለዉ በምሥራቅ ዘንተ ፭ደ ንባበ።	14 ፈተውቲ ክርስቶስን ሰዓብቲ ንጹሓን ኣቦታትና ዝኾኑ ከማና ነዚ እዮም ዝብሉ። ናይ ቀ'ስጥንጥንያ ቤተ ክርስቲያን መንበርን መስቀልን ዝኃዘ፡ ብሃይማኖት ኃውና፡ ብሚመት ውን ተሓባባሪና ዝኾነ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ኤራቅሊስ ውን፥ ነቲ ምሳና ሓደ ዝኾነ ነዚ ነገር'ዚ ናብቶም ንእግዚኣብሔር ዘገልግሉ ኣብ ምሥራቕ ዘለዉ ኤጲስቆጶሳት ጸሓፈ።
፲፭ ወይቤ ዘኢያስተርኢ ኮነ ሥጋ እንበለ ውላጤ ወዘውእቱ እምቅድመ ሊቃውንት ተወልደ በሥጋ ወልህቀ በበሕቅ ዘከመ ሥጋ እንዘ ፍጹም ውእቱ በህላዌሁ ሐመ ወዘይተሌዐል ኮሎ ተዐገሠ ግብረ ሕማም ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፲፡፶፮። ሉቃ ፪፡፶፪።	15 ከምዚ ውን በለ፥ እቲ ዘይርኢ እንከይተለወጠ ሰብ ኮነ፡ ቅድሚ ቀዳሞት ኣቦታት ዝነበረ ንሱ ብሥጋ ተወልደ፡ ብባህርዩ ምዕባይ ዘይብሉ ሰብ ብምኻኑ በብእሽቶ ዓበየ፡ ሓመመ፡ ካብ ኮሉ ዝረሓቐ ንሱ ንኮሉ መከራ ብፍቓዱ ተቐበለ። ዮሓ 1፡14።8፡58። ሉቃ 2፡52።
፲፮ ኢተዐገሠ ሕማመ ወጽእለተ በዘቦቱ አላ ተወክፈ ሕማመ በሥጋ ዘነሥአ ወናሁ ተከሥተ ።	16 በቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ መከራ ተቐበለ እምበር በቲ ናይ ቅድም ባህሪኡ ሕማምን ጸርፍን ናቱ ኣይገበረን።እንሆ ኽኣ ተገልጸ።
፲፯ ወኢምእመናንሰ ርኩሳን ይሔልዩ ወይጽሕፉ ነገረ ሐሰት ነኪረ እምነገረ ጽድቅ ወአበዊሃ ንጹሐነ ፈጸሙ ነገሮ ለክርስቶስ ወዘከርዎ ለመንፈስ ቅዱስ ዘከመ አብ ወወልድ እስመ ይተዔረይ ምስሌሆሙ በፅዱ መለኮት።	17 ዘይኣምኑ መናፍቓን ግና ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ነገረ ሓሶት ይዛረቡን ይጽሕፉን ኣለዉ። እቶም ንጹሓን ኣቦታትና ግና ንነገረ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ብምባል ፈጸሙ። ብኣብን ብወልድን ንኣምን ከምዝበሉ፡ ብሓደ መለኮት ምስ አብን ወልድን ማዕረ እዩ እሞ ብመንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን በሉ።
፲፰ ወወእቱ ይወጽእ እምእግዚአብሔር አብ ከመ ነቅዕ ወይሄሉ በወልድ ለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር ነፍሐ	18 ከም ፈልፋሊ ንሱ ካብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ይርከብ፡ ኣብ ወልድ ውን ህልው ኮይኑ ይነብር። ንሱ ወዲ እግዚኣብሔር፥

ዘቂርሎስ ም. ፍ፪	ዘቂርሎስ ም. 72
በገጸ ሐዋርያቲሁ ንጹሐነ እንዘ ይብል ንሥኡ መንፈሰ ቅዱሰ እስመ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ መንፈሰ እግዚአብሔር እምእግዚአብሔር ወአኮ ውእቱ ነኪረ እመለኮተ እግዚአብሔር ልዑል በኵሉ አላ ውእቱሰ እምዝንቱ ፩ዱ መለኮት ወህልው ውስቴቱ ። ዮሐ ፲፩፡፶፮። ፶፡፷፪።	መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ደቀ መዛሙርቱ ኡፍ በለ። መንፈስ ቅዱስ ካብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ተረኺቡ፡ ናይ ኣብን ወልድን እስትንፋሶም ስለዝኾነ ብኵሉ ግብሩ ካብ ባህርይ ልዑል እግዚኣብሔር ዝተፈልየ ኣይኮነን። ንሱስ ካብዚ ሓደ መለኮት ዝተረኽበን ብእኡ ህልው ኮይኑ ዝነብርን እዩ። ዮሓ 15፡26። 20፡22።
፲፱ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ርትዕት ዘአበዊነ ንጹሐን ወዝንቱ ውእቱ እምነትነ ሠናይ።	19 ናይ ንጹሓን ኣቦታትና ቅንዕቲ ሃይማኖት እዚኣ እያ። እቲ ዝበለጸን ዝተፈተወን ሃይማኖት እዚ እዩ።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፳ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ በዘጸሐፈ ኀበ መነኮሳት በድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ወላዲተ አምላክ ማርያም ድንግል።	20 እዚ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ ወላዲተ ኣምላኽ ድንግል ማርያም ኣብ ዝተናገሮ ድርሳኑ፡ ናብቶም መነኮሳት ክጽሕፍ ከሎ ዳግማይ ከምዚ በለ።
፳፩ ቃል ዘተወልደ እምእግዚአብሔር ተወልደ እምድንግል ቅድስት ማርያም ወኮነ ብእሴ ፍጹመ ፩ዱ ባሕቲቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወለሠቱ ንሰግድ ወኢነጋድኅ ውዑአ እምዓቅመ መለኮት በእንተ ሥጋ ወኢንጌልቆ ከመ ኵሉ እንለ እመሕያው በእንተ አርአያ ዚአነ።	21 ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ እግዚኣብሔር ቃል፡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ። ፍጹም ሰብ ኮነ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ጥራይ እዩ። ንሰግደሉ ኢና። ሥጋ ስለዝተዋሓደ ውን ካብ መለኮት ኣይንፈ ልዮን ኢና፡ ናትና ባህርይ ስለዝተዋሓደ ድማ ዕሩኞ ብእሲ ኣይንብሎን ኢና።
፳፪ ወዳእሙ ንለቡ ከመ ቃል ዘወፅአ እምእግዚአብሔር ሠምረ በፈቃዱ ወከመዝ ተትሕተ ወነሥአ አርአያ ገብር ንትሉ እንከሰ መጻሕፍተ ቅዱሳተ ወቃለ ቅዱሳን ወንእመን ከመ ቃል ሥጋ ኮነ በከመ ሕገ ትምህርት ዘተምህርናሁ ወከመዝ መጠወ ነፍሶ በእንቲአነ ወሞቱሂ መድኃኒተ ዓለም ውእቱ።	22 ካብ **ኣብ** ዝተረክበ ቃል፡- ከምዚ ከም ዝተዋረደን ናይ ግዙእ (ኣዳም) ባህርይ ከምዝተዋሓደን ንፈልጥ ኢና። ከምዚ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ቅዱሳት መጻሕፍትን ቃል ቅዱሳን ኣቦታትን ንስዓብ። ከምቲ ዝተመሃርናዮ ናይ ሥርዓት ትምህርቲ፡ ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ንእመን። ምእንታና ሰብነቱ ንሕማምን ሞትን ከምዝሃበ፡ ሞቱ ውን ናይ ዓለም መድኃኒት ከምዝኾነ ንእመን።
፳፫ ተወክፈ ስቅለተ ወተሣለቅዎ በትዕ ይርት እንዘ ሕይወት ውእቱ በህላዌ መለኮት ወእፎሙ ይትበሃል በእንተ ሕይወት ከመ ውእቱ ሞተ ወባሕቱ ተወክፈ ሞተ በሥጋሁ ከመ ያጠይቅ ግብሮ ወያሕይዎ ዳግመ።	23 መከራ መስቀል ተቐበለ። ብመለኮት ሕያው ክኸውን ከሎ ጥራዩ ሰቒሎም ተሣለቐሉ። እቲ ሕይወት ከመይ ኢሉ ሞተ ይበሃል፡ እዚስ ሰብ ምኻኑ ንኸረድእ፡ ከምኡ ውን ንከተንሥኡ ብሥጋ ሞተ ደኣ እምበር።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፪	ዘቂርሎስ ም. 72
፷፬ ንትነሠሥ እንከ በእንተ ሞተ ዚአነ አኮኑ ይብል ኵሉ ዘየአምር በጥበብ እስመ ሥጋነ ምድራዊት ኢታገምር ነፍሳቲነ ወእሑሊ ከመ አልቦ መኑሂ ዘይትዐቀፍ በዝንቱ ወከምዝ ንብል አመ ይመውት ብእሲ ለሊሁ ይሌቡ ሞተ ዘኮነ በአማኑኤል። ፪ቆሮ ፭፡፲፬።	24 ከምዚ ካብ ኮነ እምበኣር ነዚ ናትና ሞት ንመርምር። ኵሉ'ቲ ፈላጥ ሰብ ብፍልጠቱ፡ ነዛ ምድራዊት ሥጋና እታ ነፍስና ከምዘይተትርፋ ዝዛረብዶ ኣይኮነን፡ በዚ ዝጠራጠር ከምዘየልቦ እሓስብ ኣሎኹ። ሰብ ኣብ ዝሞተሉ ጊዜ፡ ነቲ ኣብ ኣማኑኤል ዝተገብረ ሞት ይፈልጥ እዩ ኢልና ከምዚ ንብል። 2ይ ቆሮ 5፡14።
፷፭ ቃል ተዋሐደ ምስለ ሥጋሁ ዘነሥአ እምብእሲት ወበጊዜሁ መጠዎ ለሞት ወለሊሁ ሐመ በሥጋሁ እንዘ ሕይወት ወማሕየዊ ውእቱ ወአፍለሰ እንተ ዘሥጋ ወደም ከመ ዘሎቱ እስከ ተብህለ በእንተ ሞት ከመ ዘሎቱ ውእቱ ሞተ ዋሕድ ባሕቲቱ ህየንተ ኵሉ ከመ ይሣየጠሙ ለእለ መትሕተ ሰማይ በደመ ዚአሁ ወይሬሲ ኵሎ ዘዲበ ምድር ለእግዚአብሔር አብ።	25 ቃል ምስ'ቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ተዋሓደ። ኣብ ጊዜኡ ውን ንሞት ሃቦ። ሕይወት መድኃኒት እንከሎ፡ ንሱ ብሥጋኡ መከራ ተቐበለ። ናቱ ከምዝኾነ ጌሩ መከራ ሥጋን ነፍስን ተቐበለ። ሞት ውን ገንዘቡ ከምዝኾነ ክሳዕ ዝንገረሉ በጽሐ፡ ሓደ ንሱ ጥራይ ውን ምእንቲ ኵሉ ሞተ። እዚ ኸኣ ነቶም ትሕቲ ሰማይ ዘለዉ ብደሙ ምእንቲ ከድኅንን ነቲ ኣብ ኵሉ ምድሪ ዘሎ ናይ እግዚኣብሔር አብ ንክገብርን እዩ።
፷፮ ወፌዱ ውእቱ እግዚእ ዘየዐቢ እምኵሉ ወተዐገሣ ለሥርዓት ከመ ይትወከፍ ሞተ በሥጋሁ ወያብጥሎ ለሞት እስመ ሕይወት ውእቱ ተወክፈ ሕማመ በሥጋሁ ከመ ያድክም ሙስና እምኵሉ ዘሥጋ ወይምሱ እዘዘ ሞት። ዘፍ ፫፡፲፱። መዝ ፹፡፬-፭።	26 ካብ ኵሉ ዝዓቢይ ጐይታ ሓደ እዩ። ሰብ ንምኻን ገንዘብ ገበረ። ብሥጋኡ ሞይቱ ሞት ንከጥፍእ፡ ሕይወት እዩ እሞ ብሥጋኡ መከራ ተቐበለ። እዚ ኸኣ ካብ ኵሉ ሰብ ምፍራስን ምብስባስን ኸኻጥፍእ፡ ፍርዲ ሞት ውን ንክስዕር እዩ። ዘፍ. 3፡19። መዝ 8፡4-5።
ክፍል ፹	**ክፍሊ 8**
፷፯ ዝንቱ ቅዱስ መምህር ቄርሎስ ይሜህር እመጽሐፉ ዳግም ዘጸሐፈ ለቢሶርስ እንዘ ይብል ክርስቶስ ውእቱ በኵረ ምውታን ወለሊሁ ቀደመ ወአንሥአ ሥጋሁ እንበለ ሙስና ወዓዲ ቀደመ ወአዕረገ ውስተ ሰማይ።	27 እዚ ቅዱስ መምህር ቄርሎስ ንቢሶርስ ኣብ ዝጸሓፎ ካልኣይ መጽሓፉ፡ ክርስቶስ በኵሪ ምዉታን እዩ፡ ንሱ ንሥጋኡ ብዘይ ምልዋጥ ኣቐዲሙ ኣተንሥኡ፡ ደጊሙ ድማ ኣቐዲሙ ናብ ሰማይ ኣዕረገ፡ ክብል ይዛረብ።
፷፰ ወበእንተ ዝንቱ ይብል አነ ውእቱ መካን ወዐንቀጽ እምቅድመ ትንሣኤ እስመ ሥጋሁ ቅዱስ ለእግዚእነ ተወካፌ ሞት ውእቱ ወእምድኅረሰ ተንሥአ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ።	28 ምእንት'ዚ ድማ 'ኣፍ ደገ መእተዊ ኣነ እየ' በለ። ከመይ ቅድሚ ትንሣኤ እቲ ናይ ጐይታና ንጹሕ ሥጋኡ ሞት ዝሰማምየ ነበረ፡ ድኅሪ ትንሣኤ ግና ሕማም ሞት ዘይሰማምየ ኮነ።

ዘቂርሎስ ም. ፍ፪	ዘቂርሎስ ም. 72
ክፍል ፪	**ክፍሊ 9**
፭፬ እምነገረ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ዘይቤሎ ለቴዎዶስዮስ ንጉሥ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት ዘእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አስተርአየ ዘኢያስተርኢ ወተወክፈ አርአያ ገብር ወዘኢይ ትገሥሥ ተገሠ። ፩ዮሐ ፩፡፩። ፩ጢሞ ፫፡፲፮። ቈላ ፩፡፲፭።	29 እዚ ቅዱስ ቄርሎስ፡ ብዛዕባ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣምንዎ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንንጉሥ ቴዎዶስዮስ ካብ ዝበሎ ኣምጺእና ንዛረብ። እቲ ዘይርእ ተራእየ፡ ንባህርይ ግዙእ (ኣዳም) ተዋሓደ፡ እቲ ዘይድኅሥሥ ውን ተዳኀሠሠ። ዮሓ 1፡1። 1ይ ጢሞ 3፡16። ቈላ 1፡15።
፭፭ ወረሰየ ሎቱ ሥጋ ለባሕቲቱ ወኢንፈልጦ ከመ ልብሰ ዳእሙ ውእቱ ውስቴቱ ወምስሌሁ ወአእመ ርናሁ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፩ዮሐ ፭፡፳።	30 ነቲ ሥጋ ውን ናይ በይኑ ናቱ ገበረ። ክዳን ካብ ሰብነት ከምዝፍለ፡ ንመለኮት ካብ ሥጋ ኣይንፈልዮን ኢና። ብተዋሕዶ ጸኒው ይነብር ደኣ እምበር። ንሱ እግዚኣብሔርን ወዲ እግዚኣብሔርን ከም ዝኾነ ፈለጥናዮ። ዮሓ 1፡1-14። 1ይ ዮሓ 5፡20።
፭፮ እስመ ከመዝ ጸሐፈ ቅዱስ ጳውሎስ እንዘ ይብል አኮ መኑሂ እምኔነ ዘየሐዩ ለርእሱ ወኢመኑሂ እምኔነ ዘይመውት ለርእሱ እመኒ ሐዮነ ለእግዚአብሔር ነሐዩ ወእመኒ ሞትነ ለእግዚአብሔር ንመውት እመኒ ሞትነ ወእመኒ ሐዮነ ለእግዚአብሔር ንሕነ ወበእንተ ዝንቱ ሞተ ክርስቶስ ወሐይወ ከመ ይኩን እግዚእ ለሕያዋን ወለምውታን ። ሮሜ ፲፬፡፯-፱።	31 ቅዱስ ጳውሎስ ውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡- ካባና ንርእሱ ኢሉ ዝነብር ወይ ንርእሱ ኢሉ ዝመውት ሓደ እኳ የልቦን። ብሕይወት እንተነበርና ንእግዚኣብሔር ኢና ንነብር፡ እንተሞትና ውን ንእግዚኣብሔር ኢና ንመውት። ብሕይወት እንተ ነበርና ኮነ እንተ ሞትና ንእግዚኣብሔር ኢና። ስለዚ ክርስቶስ ንሕያዋንን ምዉታንን ምእንቲ ኽንዝእ ሞይቱ ተንሥኣ። ሮሜ 14፡7-10።
፭፯ ርቱዕ ግብሩ እስመ ኮነ እግዚአ ለሕያዋን ወለምውታን ዘበጽድቅ ዝንቱ ዘሞተ ወተንሥአ ኢኮነ ለምንትኒ ዘእንበለ ለዝንቱ ባሕቲቱ ወመኑ ዘይብል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሞተ ወተንሥአ ዘእንበለ ለወልድ ገሀደ ንሕነሰ ነአምር እስመ ኵሉ ዘይሌቡ የአምን ከመ ውእቱ ወልድ። ሮሜ ፩፡፲።	32 ነገሩ ሓቂ እዩ፡ ብሓቂ ናይ ሕያዋንን ምዉታንን ጐይታ እዩ። ንሱ ሞይቱ ዝተንሥኣ ንሕያዋንን ንምዉታንን ንክገዝእ ጥራይ ደኣ'ዩ እምበር ንካልእ ኣይኮነን። ብዛዕባ ወልድ ብግልጺ ይዝረብ ደኣ እምበር፡ ሞይቱ ከምዝተንሥኣ ስለ ርእሱ ዝዛረብ መን እዩ፡። ንሕናስ ኵሉ ፈላጥ ሰብ፡ እቲ ሞይቱ ዝተንሥኣ ወልድ ከምዝኾነ ከምዝኣምን ንፈልጥ ኢና። ሮሜ 5፡10።
፭፰ ምንተ ትብል ቦኑ ሞተ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ሐሰ ውእቱሰ ኢመዋቲ አላ ሕይወት ውእቱ ወኢይትዌለጥ ወክሡት ግብሩ ለኵሉ ክመ መዋዔ ሞት ወሕይወት ውእቱ ወእመሰ ኢኮነ ከመዝ እፎመ እምኮነ ግዑዘ እምነ ሞት። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬።	33 እንታይ ትብል፡ ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ዝተረኽበ ቃል ሞተዶ ትብል ኢኻ። ጌጋ፡ ፍጹም ኣይበሃልን እዩ። ንሱ ዘይመውት እዩ። ሕይወት እዩ እምበር ኣይልወጥን እዩ። ንሞት ዝስዕር ሕይወት ከምዝኾነ ውን ንኵሉ ዝተፈልጠ እዩ። ከምዚ እንተ ዘይከውን ነይሩ ኸኣ እሞ ከመይ ኢሉ ካብ ሞት ተፈልየ ምተባህለ። ግብ ሓዋ 2፡24።

ዘቂርሎስ ም. ፸፪	ዘቂርሎስ ም. 72
፴፬ ወመጻሕፍትሂ ይቤላ ኢይደሉ ከመ ይሙት ቃል እምኔሁ ቦቱን ንሕነ ንረክብ እስመ ሶበ ሞተ በሥጋ ውእቱ ከመ ዘበጽድቅ ንብል ከመ ውእቱ ጥዕመ ዘንተ ወአኮ እንበለ ሥጋ አላ ፈድፋደ ቦቱ ።	34 ቃል ብባህርዩ ሞተ ምባል ከምዘይግባእ መጻሕፍቲ ተዛረቡ። ብሥጋ ምስ ሞተ ንሕና ብሥጋ ሞተ ከምንብል፣ ብሥጋ ሙማቱ ሓቂ ከምዝኾነ ኣብ መጻሕፍቲ ንረኽቦ ኢና። እዚ ግና ሰብ ከይኮነ ዘይኮነስ፣ ሰብ ምስ ኮነ እዩ።
፴፭ ወረሰየ ዲቤሁ ሕገ ኮነኔ ወሞትሂ ዘሞተ በሥጋ በህላዌ ዚአነ ወእምዝ አያቀ ግብረ እስመ ሞት ዘእንለ እመሕያው ውእቱ ወትንሣኤ እሙታን ግብረ መለኮት ውእቱ ነአምር እሉንተ ፪ተ ግብራተ። ሮሜ ፩፡፫-፭።	35 ሕማምን ሞት ናቱ ገበረ። ብሥጋኡ ዝሞቶ ሞት ውን ናትና ባህርይ ብምውሓዱ እዩ። ብድኅር'ዚ ነቲ ተዋሕዶኡ ኣረድኦ። ከመይ፣ ሞት ናይቲ ሰብ ምኻኑ ግብሪ እዩ። ካብ ምዉታን ተፈሊኻ ምትንሣእ ውን፣ ኣምላኽ ናይ ምኻኑ ግብሪ እዩ። ነዞም ክልተ ግብራት (ሞትን ትንሣኤን) ንፈልጥ ኢና። ሮሜ 1፡3-5።
፴፮ ኮነ ከማነ እንዘ ልዑል በመለኮቱ አስተርአየ ወኮነ እግዚአ ለኵሉ ፍጥረት እስመ ንጉሥ ውእቱ እምቅድመ ትሥጉቱ ወሎቱ ለባሕቲቱ ሶበ አእመሮ ናትናኤል ይቤ ሊቅ አንተ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ወንጉሠ እስራኤል አንተ ። መዝ ፸፬(፸፫)፡፲፪። ዮሐ ፩፡፵። ይሁ ፩፡፬።	36 ከማና ሰብ ኮነ። ብመለኮቱ ረቂቕ ከሎ ብሥጋ ተራእየ። ገዛኢ ኵሉ ፍጥረት እዩ። ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ንጉሥ እዩ እሞ፣ ናትናኤል ንእኡ ጥራይ ምስ ፈለጠ፣ 'መምህር! ወዲ እግዚኣብሔርን ንጉሥ እስራኤልን ንሸኻ ኢኻ' በለ። መዝ 74(73)፡12። ዮሐ 1፡50። ይሁ 1፡4።
ክፍል ፲	**ክፍሊ 10**
፴፯ እምነገረ ቅዱሰ ቄርሎስ ጎበ ዮሐንስ ነአምን ከመ ቃለ እግዚአብሔር ኢሐማሚ ወእመሂ ሐመ በሥጋሁ ውእቱሰ ሠራዔ ምሥጢር በጥበቡ ወኢሐመ በህላዌ መለኮቱ ዘኢይትረከብ ከመ ንእመን ቦቱ ከመ መድኃኔ ኵሉ ውእቱ ተወክፈ ሕማመ በሥጋሁ ከመ ዘሎቱ በሥርዓት ዘሠርዐ ለርእሱ ቃል። ፩ቆሮ ፩፡፳፩። ኤፌ ፫፡፱-፲፩።	37 ንዮሓንስ ጽሒፉ ካብ ዝለኣኾ ነገረ ቅዱስ ቄርሎስ ክንነግር ኢና። ቃል እግዚኣብሔር ዘይሓምም ከምዝኾነ ንኣምን ኢና። እንተ ሓመመ ውን ብሥጋ እዩ። ብባህርየ ጥበቡ ተዋሕዶ ዝፈጸመ ንሱ እዩ። ብዘይምርመር ባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም ንሱ ንኵሉ መድኃኒት ከምዝኾነ ምእንቲ ኽንኣምን ቃል ንርእሱ ብዝሠርየ ሥርዓት ናቱ ከም ምኻኑ መጠን ብሥጋ መከራ ተቐበለ። 1ይ ቆሮ 1፡21። ኤፌ 3፡9-11።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፷፫	ዘቂርሎስ ም. 73
ምዕራፍ ፷፫ ክፍል ፲፩።	**ምዕራፍ 73 ክፍሊ 11**
፩ እመልእክተ ቅዱስ ቂርሎስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘለእስክንድርያ ዘጸሐፈ ኀበ ንስጥሮስ ይቤሉ ጉባኤ ዓቢይ ወቅዱስ እስመ ቃል ወልደ እግዚአብሔር በህላዌሁ አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘቦቱ ገብረ አብ ኵሎ ወረደ ወተሠገወ ወሞተ በሥጋ ወተንሥአ አመ ሣልስት ዕለት ወዐርገ ሰማያተ።	1 እዚ ናይ እስክንድርያ ሓለቓ ኤጲስ ቆጶሳት ቅዱስ ቂርሎስ፡ ናብ ንስጥሮስ ካብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ከነምጽእ ኢና። ሠለስቱ ምእት ሊቃውንቲ፡- ኑቲ ብባህሪኡ ወዲ እግዚኣብሔር ዝኾነ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ አብ ንኵሉ ዝፈጠረሉ ቃል፡ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ከምዝኾነ፡ ብሥጋ ከምዝሞተ፡ ብሣልሳይ መዓልቱ ውን ከምዝተንሥአን ናብ ሰማይ ከምዝዓረገን ተዛረቡ።
፪ በእንተ ዝንቱ ይደልወነ ንትሉ ዘንተ እምነተ ወንእመን ከመ ቃል ዘእምእግዚአብሔር ኮነ ሥጋ እንበለ ውላጤ ለሊሁ ኮለንታሁ ሰብእ እምነ ነፍስ ወሥጋ ወባሕቱ ንብል ከመ ውእቱ ተሠገወ ወቦቱ ነፍስ ።	2 ስለዚ ነዚ ሃይማኖት'ዚ ክንስዕብ ይግብኣና። ካብ እግዚኣብሔር ዝተረኽበ ቃል ውን ከይተለወጠ ሰብ ከምዝኾነ ክንኣምን ይግብኣና። ንሱ ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ ፍጹም ሰብ እዩ። ንሱ ሥጋ ከምዝተዋሓደ፡ ነፍሲ ውን ከምዘለዎ ንዛረብ።
፫ ኮነ ቃል ፩ደ ምስለ ነፍስ ነባቢት ወሥጋ በ፩ዱ አካል በዘኢይትከሀል ይትነገር ተዋሕዶ ወኮነ ሰብአ ወተሰምየ ወልደ እጓለ እመሕያው አኮ በሥምረት ባሕቲቱ ወበሐልዮ ወኢነሥአ አርአያ ነኪረ ባሕቲቱ ወብዙኃት ህላዌያት ዘዘዚአሁ ወኢይበውኡ ኀበ ጽድቀ ተዋሕዶቱ ለክርስቶስ ወልድ ለሊሁ ፩ዱ እም፪ቱ ወኢይቶስሑ ፪ቱ ህላዌያት በእንተ ተዋሕዶት።	3 ኽምርመር ብዘይክእል ተዋሕዶ፡ ቃል ሓደ ኣካል ብምኻን ምስ እተዛረብ ነፍስን ምስ ሥጋን ሓደ ኮነ። ሰብ ኮይኑ ወዲ ኣዳም ተባህለ። ፈትዩ ሓሲቡ ጥራይ ዝተረፈ ኣይኮነን። ካልእ ባህርይ ውን ኣይወሰደን። ዝተፈላለዩ ዝኾኑ ባህርያት ብዙኃት እዮም። ግና ናብ ናይ ክርስቶስ ሓቐና ተዋሕዶ ኣይኣትዉን። ንሱ ወልድ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል፡ ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ኮነ። ስለ ዝተዋሓሓዱ ክልቲኦም ባህርያት ኣይተሓዋወሱን እዮም።
፬ እስመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልድ ውእቱ መለኮት ወትስብእት በተዋሕዶ ዘኢይትነገር ከመዝ ይትነገር በእንቲአሁ እንዘ ለሊሁ ቀዳማዊ እምቅድመ አዝማን ዘተወልደ እምአብ ወዳዲ ተወልደ በሥጋ እምብእሲት። ፪ቆሮ ፭፡፲፱-፳።	4 ወልድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይምርመር ተዋሓዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ቀዳማዊ ክሽውን ከሎ ቅድሚ ዘመናት ካብ አብ ዝተወልደ እዩ። ዳግማይ ድማ ካብ ድንግል ብሥጋ ዝተወልደ እዩ፡ ተባሂሉ ብዛዕባኡ ከምዚ ይበሃል። 2ይ ቆሮ 1፡18-20።
፭ ወአኮ ጥንተ መለኮቱ እምድንግል ወኢፈቀደ ኀበ ጥንተ ልደት እምድኅረ ልደቱ እምአብ ወዝንቱ ከንቱ ወዕበድ	5 መለኮቱ ካብ ድንግል ዝተረኽበ ኣይኮነን። ካብ አብ ድኅሪ ምውላዱ ቀዳማዊ ልደት ክውለድ ኣይፈተወን። ምስ አብ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ኣቐዲሙ ዝነበረ ጥንቲ

ዘቄርሎስ ም. ፍቮ	ዘቄርሎስ ም. 73
ውእቱ ከመ ይትበሃል በእንተ ቀዳማዊ ዘአልቦ ጥንት ዘሀሎ እምቅድመ አዝማን ምስለ አብ ከመ ውእቱ ፈቀደ ኀበ ካልእ ጥንት ከመ ይትወለድ ዳግመ ከመዝ ይትበሀል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ተወልደ በሥጋ ወኢተወልደ ቅድመ ከመ ኮሉ እምድንግል ወእምዝ ወረደ ላዕሌሁ ቃል አላ ኮነ ፩ዱ ባሕቲቱ ዘእማኅፀን ወተዐገሠ ይትወለድ በሥጋ ወተወክፈ ሎቱ ለባሕቲቱ ልደተ በሥጋ ። ዮሐ ፩፡፲፬። ገላ ፬፡፬።	ዘይብሉ ቀዳማዊ ዝኮነ ብዛዕባኡ፡ “ዳግማይ ኀክወለድ ጥንታዊ ልደት ካልኣይ ደለየ” ኢልካ ምዝራብ ሓሶትን ክሕደትን እዩ። ብዛዕባ እቲ ካልኣይ ብሥጋ ምውላዱስ ከምዚ ደኣ ይነገር፡- ንሱ ጥራይ በይኑ አብ ማኅፀን ድንግል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ ደኣ እምበር ከም ኮሉ ሰብ ኣቐዲሙ ቕርዒ ዝተፈጸመሉ ሰብ ተረኺቡ ብድኅር'ዚ ቃል ዝኾደሮ ኣይኮነን። ብሥጋ ንክውለድ ፈተወ፡ ብሥጋ ምውላድ ውን ንእኡ ንበይኑ ጥራይ ገንዘብ ገበረ። ዮሓ 1፡14። ገላ 4፡4።
፮ ዝንቱ ውእቱ ዘንብል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሞተ ወተንሥአ ወኢሐመ ቃለ እግዚአብሔር በመለኮቱ ወኢተዐገሠ ቅሥፈተ ወስቀ፟ረተ ቅንዋት ተረፈ ቀ፟ስል መለኮትሰ ኢየሐምም እስመ ኢኮነ ሥጋ አላ በሥጋ ዘነሥአ ቦቱ ሐመ ወለእሉሂ ሕማማት ከመዝ ይትበሃል በእንቲአሆሙ ከመ ተወክፎሙ በእንቲአነ ወዘኢየሐምም ሐመ በሥጋ ሐማሚ ። ኢሳ ፶፫፡፬-፭። ፩ጴጥ ፪፡፳፬።	6 ከምዝሞተን ከምዝተንሥአን ብዛዕብኡ እንኣምኖ እዚ እዩ። ቃል እግዚኣብሔር ብባህርየ መለኮቱ ኣይሓመመን፡ መግረፍን ምሸንካርን ብብዙኅ ሸንኽ ምቀ፟ሳልን ብባህሪኡ ገንዘብ ኣይገበረን። ሥጋ ስለ ዘይኮነ መለኮት ኣይሓምምን እዩ ግና ቦቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሞተ ደኣ እምበር። ነዞም መከራታት ውን ምእንታና ተቐበሎም ከምዚ ይበሃል። እቲ ዘይሓምም ንሱ፡ ቦቲ ሕማም ዝሰማምያ ሥጋ ሓመመ። ኢሳ 53፡4-5። 1ይ ጴጥ 2፡24።
፯ ወበዝንቱ ፩ዱ አምሳል ዓዲ ነአምር ሞቶ ወቃለ እግዚአብሔር ኢመዋቲ በአካሉ ወኢይትዌለጥ ለሊሁሰ ሕይወት ወማኅየዊ ኮሉ ወ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ። ዮሐ ፲፩፡፳፭። ፪ቆሮ ፭፡፲፬።	7 ብሥጋ ሓመመ ከምዝበልና፡ እንደገና ውን ብሥጋ ከምዝሞተ ንፈልጥ ኢና። ቃል እግዚኣብሔርሲ ብኣካሉ ብባህርዩ ሞት የብሉን፡ ምልዋጥ ውን የብሉን። ንሱ ንኮሉ ዘድኅን ሕይወት እዩ። ምስ ሥጋኡ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። ዮሓ 11፡25። 2ይ ቆሮ 5፡14።
፰ ወበከመ ይቤ ጳውሎስ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ ቤዛ ኮኖ ይትበሃል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ጥዕመ ሞተ በእንቲአነ ወኢጥዕመ ሞተ በመለኮቱ እስመ ዝንቱ ንባብ ሕፀፅ ውእቱ ከመ ይንብብዎ አው የሐልይዎ አላ በከመ እቤ ይእዜ እስመ ሥጋሁ ዘጥዕመ ሞተ ። ዕብ ፪፡፱ ።	8 ‘ብለውሃት አብ ንኮሉ በኃ ኮይኑ ሞት ተቐበለ፡’ ከምዝበለ ጳውሎስ፡ ምእንታና ብሥጋ ሞት ከምዝተቐበለ ይንገረሉ። ብመለኮቱ ግና ሞተ ኣይበሃልን እዩ። ብባህርየ መለኮቱ ሓሚሙ ሞይቱ ምባል ክሓስብዎን ክዛረብዎን ዘይግባእ ሕፀፅ እዩ። ከምቲ ሕጂ ዝበልክዎ፡ ሞት ዝተቐበለ ሥጋኡ እዩ። ዕብ 2፡9።
፱ ወከመዝ ዓዲ አምሳሊሁ ለዘተንሥአ ሥጋ ወይትበሀል በእንተ ትንሣኤ ከመ ውእቱ ሎቱ ወኢወድቀ ውስተ ሙስና	9 ‘ብሥጋ ሞተ ከምዝበልናዮ፡ እንደገና ድማ ብሥጋ ተንሥአ’ ንብል። ብዛዕባ ትንሣኤ ውን ናቱ ገንዘብ ከምዝኾነ፡ ሙስና መቓብር ከምዘይረኸቦ ይዝረብ። ዝተንሥአ

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
ወአኮ ዝንቱ ለመለኮት አላ ሥጋሁ ውእቱ ዘተንሥአ።	ሥጋኡ እዩ እሞ እዚ ንመለኮት ኣይንገረሉን እዩ።
፲ ከመዝ ነአምን በ፩ዱ ክርስቶስ እግዚእ ወአኮ ንሕነ ከመ ዘይሰግድ ለብእሲ ወለቃል ከመ ኢይኩን ምትሐተ ወጽላሎተ በፍልጠት ዘይበውኡ ጎቡረ ወዘይሬስይዎሙ ፪ቱ አላ ንሰግድ ለ፩ዱ ባሕቲቱ ወሥጋኒ ኢኮነ ነኪረ እምነ ቃል አላ ፩ዱ ውእቱ ምስሌሁ ለግሙራ።	10 ብሓደ ናይ ባህርይ ጐይታ ንኣምን ኢና። ከምቲ ንሰብን ንቃልን ፈላልዩ ዝሰግድ ፈላሊና ኣይንሰግድ ኢና። ብምፍልላይ ብዝኣትዉን ክልተ ብዝገብር ዎምን፡ ብምትሓትን ብምሳሌን ምእንቲ ከይከውን ንሓደ ንእኡ ጥራይ ንሰግድ። ፈጺሙ ምስ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ እምበር ሥጋ ካብ ቃል ፍሉይ ኣይኮነን።።
ክፍል ፲፪	**ክፍሊ 12**
፲፩ እምድርሳነ ቅዱስ ቄርሎስ ይቤ ንሕነሰ ንተሉ ሕሊና ርትዕተ ወንትመየጥ ኀበ ነገረ ጽድቅ ወኢንብል ነኪር ውእቱ መለኮት እምነ ሕማም ከመ በዝንቱ ኢንብል እምቅድመዝ እስመ ልደት ሥጋዊ አኮ ልደቱ ወኢንብል ከመ ውእቱ ለካልእ።	11 ካብቲ ቅዱስ ቄርሎስ ዝተናገሮ ድርሳኑ ከነምጽእ ኢና። ንሕናስ ነታ ቅንዕቲ ነገረ ሃይማኖት ንዛረብ ኣሎና። ሓቀኛ ነገር ናብ ምዝራብ ውን ንምለስ ኣሎና በለ። ቅድምዚ፡ በቲ ሥጋዊ ልደት ገንዘቡ ስለ ዘይነበረን ሓሚሙ ዘይንብል ስለዝነበርናን ናይ ካልኣ ገንዘብ እዩ ከም ዘይንብል፡ መለኮት ካብ ሕማም ፍሉይ እዩ ኣይንብልን።
፲፪ ወኢንክሕድ ዘኮነ ዲበ ህላዌ ልዑል እግዚኣብሔር ቃል ከመ ሶበ ይትወደይ ሐፂን ውስተ ላህበ እሳት ወይትቄከፍ ላህበ እሳት በተዋሕዶቱ ምስሌሁ እስመ ሶበ ይዘበጥ ሓፂን ዘምስለ እሳት ጎቡረ ይትቄከፍ ዝብጠተ ወኢይትዔመፅ ህላዌ እሳት በምንትኒ እምነ ዝብጠት ከመዝ ንለቡ እስመ አማኑኤል ቃል ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመለኮቱ።	12 ኑቲ ብቃል እግዚኣብሔር ብረቂቕ ባህርይ ዝኾነ ተዋሕዶ ኣይንኽሓድ። ሓፂን ምስ ሓዊ ምስ ተዋሓደ፡ ናይቲ ሓዊ ባህርይ ገንዘቡ ከምዝገብር፡ እቲ ሓፂን ብመዶሻ ክውቃዕ ከሎ፡ ምስቲ ሓዊ ብሓደ ከምዝውቃዕ፡ ግና ቲ መዶሻ እቲ ናይ ሓዊ ባህርይ ብዝኾነ ነገር ከምዘይጉዳእ፡ እቲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ቃል ድማ ብመለኮቱ ሕማም ዘይብሉ ከሎ ብሥጋ ከም ዝሓመመ ከምዚ ኢልና ነስተውዕል።
፲፫ ይቤ ጸውዕኒ መፍቅድ እትወሐድ ምስለ ሥጋ ከመ እፍታሕ ማእሠረ ኃጢኣት ወተሰቀልኩ እስመ ኮንኩ ሰብአ በእንቲአሆሙ ከመ አብጥል ኃጢአተ ኵሉ በሥጋየ ወሞትኩ በከዊነ ዳግማይ አዳም።	13 ፍቓድ ሥጋ ንክዋሓድ ገበረኒ። ንፍዳ ኃጢኣት ኘሽጥፍእ ውን መከራ ተቐበልኩ። ብሥጋይ ናይ ኵሎም ኃጢኣት ኘሽጥፍእ ምእንትኡም ሰብ ኾንኩ፡ ዳግማይ ኣዳም ኮይነ ውን ሞትኩ።
፲፬ ወኢሞተ መለኮትየ አላ ፄወውኩ ሲኦለ ወተንሣእኩ በሥልጣነ ባሕቲትየ ነፋሕኩ በገጸ አርዳእየ አጠይቅ ከመ	14 መለኮተይ ኣይሞተን፡ ንሲኦል ደኣ ማረኽኩ እምበር። ብገዛእ ሥልጣነይ ውን ተንሣእኩ። ኣብ ገነት ዝነበረ ሰብ ኣብ ኣዳም ብንፍሓት መንፈስ ቅዱስ ዘጎደርኩ

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
ፈጣሪ አነ ዘነፋሕኩ ውስተ ገጹ ለብእሲ ዘነበረ ውስተ ገነት ዘውእቱ አዳም። ዘፍ ፪፡፯። ዮሐ ፳፡፳፪። ፩ጴጥ ፫፡፲፱።	ፈጣሪ ኣነ ምኻነይ ምእንቲ ኸረድእ፡ ኣብ ቅድሚ ደቀ መዛሙርተይ ኡፍ ኢለ መንፈስ ቅዱስ ኣጎደርኩ፡ በለ። ዘፍጥ 2፡7። ዮሓ 20፡22። 1ይ ጴጥ 3፡19።
፲፭ ወ፩ዱ ዘእምሥላሴ ውእቱ ዘተሰቅለ ወበሥጋ ዘተወክፈ ሞተ ዝንቱ ኮነ ፩ደ ምስሌሁ ወኢሞተ መለኮቱ ዘውእቱ ፩ዱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ከመ ኢይበሉ ካልእንሂ ተሰቅሉ ምስሌሁ እትናገር በእንተ አብ ወመንፈስ ቅዱስ።	15 እቲ ዝተሰቐለ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ እዩ ምስኡ ውን ሓደ ዝኾነ እዚ ቃል ብዝተዋሓዶ ሥጋ ሞተ፡ ምስ አብን ምስ መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾኑ መለኮት ግና ኣይሞተን። ብኣካል ፍሉይ ዝኾኑ አብን መንፈስ ቅዱስን ምስኡ ተሰቐሉ ምእንቲ ከይብሉ ናይ አብን ናይ መንፈስ ቅዱስን ነገር እዛረብ ኣሎኹ።
፲፮ ወለእመ ንቤ ከመ ቃል ተወክፈ ሕማመ በሥጋ ንሕነሰ ነአምን ከመ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ተሰቅለ ወካልኣንሰ ህላዌያት ዘእምቅድስት ሥላሴ ኢሐሙ።	16 ‘ቃል ብሥጋ መከራ ተቐበለ’ እንተበልና ውን ንሕና ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ከምዝተሰቐለ ንኣምን። ካብ ሠለስተ ኣካላት እቶም ክልተኦም አብን መንፈስ ቅዱስን መከራ ኣይተቐበሉን።
ክፍል ፲፫	**ክፍል 13**
፲፯ እምነ ኃምስ ጠማር ዘቅዱስ ቄርሎስ መንገለ ጽርፈቱ ለንስጥሮስ ዕልው ኢይደልወነ ናብጽሕ ማዕከለ ጉባኤነ መሪረ ንባበ ወግዘፈ ልብ ከመ ተእጎዘ እግዚኣብሔር ቃል ወህላዌ መለኮት ተዐገሠ መከራ።	17 ቅዱስ ቄርሎስ፡ ንዓማጺ ንስጥሮስ ነቒፉ ካብ ዝጸሓፎ ኃሙሻይ መጽሓፉ፡ እግዚኣብሔር ቃል ከም ዝተታጎዘን ባህርየ መለኮት ብግዲ መከራ ከምዝተዓገሠን ኣምሲልና ኣብ ማእከል ጉባኤና መሪር ዘረባን ተሪር ልብን ከነእቱ ኣይግባእን።
፲፰ ንብል ዘንተ ነገረ ከመ በሠናይ ትምህርት ርቱዐ ወነአምሮ ጥቀ ለዝንቱ ፍጡነ ወንሕነ ንቤ እስመ ሰማዕታት ከዊኖሙ ፍጹማነ ጎረዩ ሎሙ ኮሎ ሕማማተ ሶበ ፈቀዱ ገድለ ሠናየ ወያሩ ገድሎሙ ወዐቀቡ ሃይማኖተ ወነሥኡ አክሊለ ዘያሠምሮ ለእግዚእነ ክርስቶስ። ፪ጢሞ ፬፡፮-፰።	18 ነዚ ነገር’ዚ ብሓቀኛ ትምህርቲ ኣቕኒዕና ከምዚ ንብል ኣሎና። ነዚ ውን ፈጺምና ቀልጢፍና ክንርድኣ ኢና።ንሕናስ፡ እቶም ሰማዕታት ብሃይማኖትን ግብርን ፍጹማን ኣብ ዝኾኑሉ ጊዜ፡ ፈትዮም ፍጹም መከራ ከምዝተቐበሉን ሃይማኖት ኣጽኒዖም ከም ዝሓለዉን፡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ደስ ዘብሎ ኣኽሊል ክብሪ ከምዝረኸቡ ንዛረብ ኣሎና።2ይ ጢሞ 4፡6-8።
፲፱ ወይእዜኒ ሶበ ይእጎዝ ፩ዱ ተዋሥኦ መንገሌነ እንዘ ይብል ቦኑ አመ መተሩ ሥጋሆሙ በሐዊን ለቅዱሳን አው አውዐይዎሙ በእሳት ወሶበሂ አሠርዎሙ በሰናስል አመ ነሥእዎሙ ቦኑ ረከባ ነፍሳቲሆሙ ዘንተ ኮሎ ምስለ ሥጋ አው ነፍሳትኒ ዓዲ ውዕያ በእሳት ወተመትራ በአሰይፍት ወንሕነ	19 ሕጂ ውን ንሰማዕታት ብሰይፊ ምስ ሰየፍዎምን ብሓዊ ምስ ኣንደድዎምን ጎዞም ውን ብሰንሰለት ምስ ኣሠርዎም፡ ብሓቂ ነፍሳቶም ምስ ሥጋ እዚ ኮሉ ተቐቢለን ድየን፡ እተን ነፍሳት ውን ዳግማይ ነዲደን ድየን፡ ብሰይፍስ ተወቒዔ ንዶ፡ ኢሉ ሓደ ሰብ እንተ ሓተተና፡ ንሕና ናታቱን ነገር፡ ካብ መከራ ሥጋ

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
ንብል በእንቲአሆን ከመ እማንቱ ይወጽኣ እምሕማመ ሥጋ ወኢይረክባ ዘንተ ኮነኔ ዓቢየ።	ፍሉያት እየን፥ እዚ ጽኑዕ መከራ'ዚ ውን ኣይቐበላን እየን ኢልና ኢና ንምልስ።
፭ ወሶበሂ ያወሥአነ እንዘ ይብል እመሰ እማንቱ በህላዌሆን ባሕቲቶን ኢይነሥኣ አክሊላተ በእንተ ዘኢተወክፋ ሕማመ ሥጋ ንሕነኒ ናወሥኦ ነገረ ጽዱቀ ወንብል ኢነጎድጎን ውዑለተ ባሕቲቶን እምሕማመ ሥጋ ዘሐመ ወሥጋኒ አኮ ዘካልእ አላ ዘዚአሆን። ዕብ ፲፩፥፴፫-፴፯።	20 'ንሳተን ብባህሪአን በይነን ካብ ኮና፥ መከራ ሥጋ ስለዘይተቐበላ ክብሪ ክረኽባ ኣይክእላን እየን' ኢሉ እንተ መለሰልና፥ ንሕና ግና 'ካብቲ መከራ ዝቐበል ሕማም ሥጋ ንበይነን ዝተፈልያ ኣይንገብረንን። ሥጋ ውን ናተን እዩ እምበር ናይ ካልእ ኣይኮነን' ኢልና ነቲ ሓቀኛ ነገር ንምልሰሉ። ዕብ 11፡33-37
፮ ወዝንቱኒ ኢኮነ ትምህርት ወጽዕለት ውእቱ ከመ ይትበህል እስመ ህላዌ መለኮት ሐመ አው ተእጎዘ ምስለ ሥጋ ዘከመ ንባበ አይሁድ ወንባበ ረሲዓን።	21 'ባህርየ መለኮት ሓመመን ብሕማም ሥጋ ተታጎዘን፥' ንዝበሃል እዚ ከም ዘረባ ኣይሁድን ከም ጸርፊ መናፍቓንን እዩ እምበር እዚ ትምህርቲ ኣይኮነን።
፯ ለነሰ ዘይፈደፍድ ትምህርትነ ወኒሩትነ ንእመን እስመ ቃል ተዐገሠ ሕማማተ ሥጋሁ ከመ ዘሎቱ ባሕቲቱ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት ወእንዘ ኢይወጽእ እምሥጋ ወሕማም።	22 ናትናስ ብሉጽ ትምህርትናን ሠናይ ሃይማኖትና፥ ብመለኮት ከይሓመመ፥ ካብ ሥጋን ሕማምን ከይተፈልየ፥ ቃል ከም ናቱ ናይ በይኑ ገንዘብ ጌሩ ነቲ ናይ ሥጋ ሕማም ፈትዩ ከምዝተቐበለ ኽንኣምን እዩ።
ክፍል ፲፬	**ክፍሊ 14**
፰ መልእክት እምኀበ ቅዱስ ወብፁዕ ቄርሎስ ኀበ ዮሐንስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘአንጾኪያ ነአምን ይእዜ በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ከመ ውእቱ አምላክ ፍጹም ወሰብእ ፍጹም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት።	23 ካብ ቅዱስን ብፁዕን ቄርሎስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሓለቓ ኤጲስቆጶሳት ዮሓንስ ዝተላእከ መልእኽቲ እዚ እዩ። እትዛረብ ነፍሲ ገንዘቡ ዝኾነ ፍጹም ሰብ፥ ፍጹም ኣምላኽ ከምዝኾነ፥ ሕጂ ውን ብሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን።
፱ ቀዳሚ ተወልደ እምአብ በመለኮቱ ወበደኃሪ መዋዕል ዓዲ ተወልደ እንዘ ፩ዱ ባሕቲቱ እማርያም ድንግል በትስብእት በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ ውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ በመለኮት ወዕሩይ ምስሌነ ውእቱ ዝንቱ አሐዱ በትስብእት ወኮኑ አሐደ ፪ቱ ህላዌያት በተዋሕዶ ። ዮሐ ፩፥፩-፲፬። ፲፮፥፳፯። ገላ ፬፥፬።	24 ቅድሚ ዓለም ብመለኮቱ ካብ **አብ** ዝተወልደ፥ ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ከኣ ዳግማይ ንኣና ንምድኃን ካብ ድንግል ማርያም ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ብሥጋ ዝተወልደ፥ ንሱ ምስ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ብመለኮቱ ማዕረ እዩ። እዚ ሓደ ሰብ ብምኻኑ ምሳና ሓደ እዩ። ክልተ ባህርያት ብተዋሕዶ ሓደ ኾኑ። ዮሓ 1፡1-14። 16፡27። ገላ 4፡4።

ዘቂርሎስ ም. ፍቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
፷፭ ወበእንተዝ ነአምን በ፩ዱ ክርስቶስ ወበ፩ዱ እግዚእ ወዘንተ ተዋሕዶተ ንሔሊ እንበለ ቱስሕት ወነአምን ከመ ቅድስት ድንግል ወላዲተ እግዚ አብሔር እስመ እግዚአብሔር ቃል ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ወለሥጋሂ ዘነሥአ እምኔሃ ረሰዮ አሐደ ምስሌሁ እምአመ ተፀንሰ ቦቱ ።	25 ስለዚ ከኣ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ገዛኢ (ጐይታ) ከምዝኾነ ንኣምን። ብዘይምትሕ ውዋስ ነዚ ተዋሕዶ'ዚ ንኣምን። ቅድስት ድንግል ውን ወላዲት እግዚኣብሔር ከም ዝኾነት ንኣምን። ከመይ ቃል እግዚኣብ ሔር ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ኮይኑ እዩ። እቲ ካብኣ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ካብቲ ዝተፀንሰሉ መዓልቲ ጀሚሩ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ገይርዎ እዩ።
ክፍል ፲፮	**ክፍሊ 15**
፷፮ መልእክት እምጎበ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ጎበ አውፋምዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘአሞሬዎን ኦ ሰብእ ኢትሚጡ ነገረ ከንቱ መንገሌነ ወኢትበሉ በትምክሕት ዘከመ ንሕነ ንሔሊ ዘከመ አቡሊና ርዮስ ወአውናምዮስ ዘከመ ተጽሕፈ በኤፌሶን። ኤፌ ፭፡፮ ።	26 ካብ ቅዱስ ቄርሎስ ዝተረኽበ ናብ ናይ ኣሞሬዎን ኤጲስቆጶስ ኣውፋምዮስ ዝተላእከ መልእክቲ እዚ እዩ። ኣቱም ሰባት! ነዚ ሓሶት ዘረባኹም ናባና መሊስኩም ኣይትዛረቡ። ንሕና ከም ኣቡሊናርዮስን ኣውናምዮስን ከምእንዛረብ ጌርኩም ብትምክሕቲ ኣይትዛረቡ፣ ከምቲ ኣብ ኤፌሶን ዝተጻሕፈ። ኤፌ 5፡6።
፷፯ አንሰ በእንተ ሀብቱ ለመድኃኒነ ኮንኩ በዝኒ ዘመን ርቱዐ ሃይማኖት ወልህቁ በርትዕት ሃይማኖት በዝኒ ዘመን ወኢሐለይኩ ግሙራ ዘከመ አቡሊና ርዮስ ወኢዘከመ አርዮስ ወኢዘከመ አውናምዮስ ወኢዘከመ ፩ዱ እምዐላውያን።	27 ኣነ ብለውሃት መድኃኒና ክርስቶስ ኣብ ዝኒ ዘመነይ ብቅንዕቲ ሃይማኖት ጸናዕኩ፣ ኣብ ዝኒ ዘመነይ ውን ብጽንዕቲ ሃይማኖት ፍጹም ኮንኩ።ከም ኣቡሊናርዮስ ነፍሲ ኣይወሰደን ኣይበልኩን፣ መዓርግ ውን ኣይሃብኩን። ከም ኣርዮስ ፍጡር፣ ከም ኣውናምዮስ ከኣ ሕፁፅ ኣይበልኩን። ከም ሓደ ካብቶም መናፍቓን ውን ኩቶ ኣይተዛረብኩን።
፷፰ ወባሕቲቱ አንሰ አአምን ከመ ቦቱ ለእግዚእነ ነፍስ ነባቢት ወኢየንብር ምስለ እለ ይቶስሑ ወያመጽኡ ድካመ ለመለኮት ወኢምስለ እለ ይቄልጡ በከመ ይብሉ ሰብእ አንሰ አአምሮ ለቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ኢይትቄለጥ ወኢይፈልስ እምህላዌሁ ወኢይትቄከፍ ዘይዳደቅ በህላዌሁ ባሕቲቱ እስመ እግዚአብሔር ኢየሐምም ወኢለብሰ ጽላሎተ ዘውእቱ ውላጤ ወዳዕሙ ጽኑዕ ውእቱ ፈድፋደ በጎሩቱ ባሕቲቱ።	28 ኣነ ግና ንጐይታና እትዛረብ ነፍሲ ከምዘላቶ እኣምን እምበር ምስቶም ተሓዋወሰ ዝብሉ፣ ብባህርይ ሓመመ ደኸመ ዝብሉ፣ ከምኡ ውን ተለወጠ ዝብሉ ኣይኃበርኩን። ሰባት ከምዝብልዎ ኣነስ ቃል እግዚኣብሔር ከምዘይልወጥ፣ ባህሪኡ ውን ከምዘይኃድግ፣ ብሥጋ ንዝመጽእ ኮሉ ብባህሪኡ ጥራይ ከምዘይቅበል እፈልጥ እየ። ከመይ እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ኣይሓምምን እዩ። ምትሓት፣ ጎድረት ኮነ ምልዋጥ ገንዘቡ ኣይገበረን። ንሱ ባዕሉ ብለውሃቱ ጸኒዑ ደኣ ይነብር እምበር።

ዘቂርሎስ ም. ፍቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
፷፱ ወዓዲ ይሄሉ ዘልፈ በዘቦቱ ዘእንበለ ፍልጠት እንዘ ውእቱ ፩ዱ መሢሕ እግዚእ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ወዘንተ እብል ከመ ውእቱ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ዘከመ ተጽሕፈ በከመ ይቤ ጴጥሮስ ብፁዕ። ፩ጴጥ ፬፡፩።	29 ሕጂ ውን ሓደ ወልደ እግዚአብሔር ሓደ ክርስቶስ ሓደ ገዛኢ (ጐይታ) ኮይኑ ከይተኸፈለ ብሓድነቱ ጸኒዑ ንዘለዓለም ይነብር። ንሱ ምእንታና ብሥጋ ከም ዝሓመመ ነዚ እዛረብ ኣሎኹ። ብፁዕ ጴጥሮስ ብሥጋ ሓመመ ኢሉ ከምዝጸሓፎ። 1ይ ጴጥ 4፡1።
ክፍል ፲፮	ክፍሊ 16
፸ መልእክት እምኀበ ቅዱስ ቂርሎስ ኀበ አፋሲስ ኤጲስ ቆጶስ ዘመሊጠን ቃል ተሠገወ በከመ ጽሑፍ ወኮነ አሐደ በከመ ሥርዓተ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወከመዝ መለኮት ወትስብእት እንዘ ኢይቶስሑ በበይናቲሆሙ ኀብሩ በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት።ዮሐ ፩፡፲፬	30 ካብ ቅዱስ ቂርሎስ ናብ ናይ መሊጠን ኤጲስቆጶስ ኣፋሲስ ዝተላእከ መልእኽቲ እዚ እዩ። ከምቲ ዝተጻሕፈ እቲ ቃል ሥጋ ኮነ። ቡቲ ዘይምርመር ሥርዓተ ተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ። መለኮትን ትስብእትን ነንሓድሕዶም ከይተሓዋወሱ ምፍላይ ብዘይብሉ ተዋሕዶ ብከምዚ ፈጺሞም ሓደ ኮኑ። ዮሓ 1፡14።
፸፩ ወኢንሔሊ ዘከመ ንባበ ሰብእ እምእለ ዐለዉ ቅድመ እለ ይብሉ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ነሥአ እምህላዌሁ ወዐቅመ መለኮቱ ፈጠረ ለውቱ ሥጋ አላ ንሕነሰ ንተልዋ ለቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንባበ እግዚአብሔር በኵሉ መካን እንዘ ጽኑዐን ንሕነ።	31 ካብቶም ኣቐዲሞም ዝኸሓዱ ሰባት፡ 'ቃል እግዚአብሔር ካብ ባህሪኡ ከፊሉ ብመጠን መለኮቱ ንሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ።' ዝብልዎ ከም ናቶም ኣይንብልን። ንሕናስ ነታ እግዚአብሔር ዝተዛረባ ቤተ ክርስቲያን ብሃይማኖትን ግብርን ጸኒዕና ብኵሉ ሥራሕ ንስዕብ ኣሎና።
፸፪ ወንብል ከመ ውእቱ ነሥአ እምቅድስት ድንግል ወበእንተዝ ናበውእ ልቡናነ ኀበ ፩ዱ ተዋሕዶ ዘቦቱ ወልድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወንብል እስመ ፪ቱ ህላዌያት ኮኑ አሐደ።	32 ንሱ ቃል፡ ካብ ቅድስት ድንግል ሥጋን ነፍስን ከም ዝወሰደ ንዛረብ ኣሎና። ስለዚ ድማ ነቲ ናይ ባህርይ ወልድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናቱ ዝገበሮ፡ ንሓደ ተዋሕዶ ብልብና ንኣምን። እቶም ክልተ ባህርያት ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮኑ ንብል።
ክፍል ፲፯	ክፍሊ 17
፸፫ መልእክት እምኀበ ቅዱስ ቂርሎስ ወጉባኤ እለ ተጋብኡ እምአድያመ ግብጽ ዘፈነዉ ኀበ ንስጥሮስ ።	33 ካብ ቅዱስ ቂርሎስን ኣብ ኣውራኽ ግብጺ ዝተጋብኡ ሊቃውንትን ናብ ንስጥሮስ ዝተላእኸ መልእኽቲ እዚ እዩ።
፸፬ ንሕነሰ ንብል በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ዋሕድ ቃለ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምህላዌ መለኮቱ ለእግዚአብሔር አብ አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘቦቱ ኵሉ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ ወረደ በእንተ መድኃኒትነ አትሐቶ ርእሶ ባሕቲቱ ወነሥአ ሥጋ	34 ንሕናስ ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንነግር ኣሎና። ካብ እግዚአብሔር **ኣብ** ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ዝተወልደ ሓደ ቃል እግዚአብሔር ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ኵሉ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ዝተፈጥረሉ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ንሱ በይኑ ርእሱ ኣዋሪዱ ንኣና ንምድኃን

ዘቂርሎስ ም. ፫፫	ዘቂርሎስ ም. 73
እምቅድስት ድንግል ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ እም አመ ኀደረ ውስተ ማኅፀን ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፯፡፬።	ሰብ ከምዝኾነ፡ ካብ ቅድስት ድንግል ውን ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ኣብ ማኅፀን ካብ ዝኃድር ጀሚሩ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ገበሮ ንብል። ዮሓ 1፡1-14። 17፡4
፴፭ ለሊሁ ተዓገሠ ለተፀንሰ ከማነ ውተወልደ እምብእሲት ከመ ሰብእ ወኢተአተተ እምኔሁ መለኮቱ ወእመሂ ተሳተፈ ሥጋ ወደመ ዓዲሁ ዘከመ ቀዳሚ ግብሩ አምላክ ውእቱ በአርአያ ዘሀሎ ቦቱ ክሡተ በጽድቅ ህላዌሁ ወኢንብል ከመ ሥጋ ተመይጠ እምህላዌሁ ኀበ ህላዌ መለኮት ወኢህላዌ መለኮት ዘኢይትነገር ተመይጠ ኀበ ህላዌ ሥጋ ። ሉቃ ፩፡፴፩። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፪፡፲፬።	35 ንሱ ከማና ክዕነስ ፈተወ፡ ሰብ ብምኻኑ ውን ካብ ድንግል ተወልደ። ሰብ ብምኻኑ ኣምላኽነቱ ኣይኃደገን። ሥጋን ነፍስን እኳ እንተተዋሓደ፡ ሰብ ድኅሪ ምኻኑ ውን እንተኾነ፡ ባህሪኡ ዘይልወጥ ስለዝኾነ ቦቲ ጸኒዑ ዝነብረሉ ባህሪኡ ከምቲ ቀዳማይ ግብሩ ኣምላኽ እዩ። ሥጋ ካብ ባህሪኡ ናብ ባህርየ መለኮት፡ ዘይምርመር ባህርየ መለኮት ውን ናብ ባህርየ ሥጋ ተለወጠ ኣይንብልን። ሉቃ 1፡31። ገላ 4፡4። ዕብ 2፡14።
፴፮ እስመ ውእቱ ኢይትቄለጥ ወኢይትመየጥ አላ ህልው ውእቱ በኵሉ ጊዜ ለዓለም በህላዌሁ ዘትካት በከመ ጽሑፍ ተርእየ ሕፃነ ወጥብሉለ በአጽርቅት በውስተ ሕፅነ ድንግል ዘወለደቶ እንዘ ይመልእ ኵሎ ፍጥረተ ወይነብር በየማነ አቡሁ እስመ ለመለኮት አልቦቱ ጕልቍ ወኢዐቅም ወኢይትከሀል ይትነገር በልሳን ወኢይበጽሐ ሕሊና።መዝ ፻፱(፻፩)፡፭። ሚል ፫፡፮።	36 ከመይ ንሱ ፈጺሙ ኣይልወጥን እዩ። ቦቲ ቀዳማይ ባህሪኡ ጸኒዑ ንዘለዓለም ኵሉ ሳዕ ይነብር ደኣ እምበር። ከምቲ ዝተጻሕፈ፥ ኣብ ኵሉ ዓለም ምሉእ እንከሎ፡ ምስ ኣቦኡ ውን ብሓድነት እንከሎ፡ ሕፃን ኮይኑ ጨርቂ ተጠቕሊሉ ኣብ ሕቑፊ ዝወለደቶ ድንግል ተራእየ። ከመይ መለኮት ልክዕ መጠን ስለዘይብሉ፡ ብልሳን ክዝረብ ኣይክእልን፡ ልቢ ውን መርሚሩ ኣይበጽሖን እዩ። መዝ 102(101)፡27። ሚልክ 3፡6።
፴፯ ወነአምን በቃል ከመ ውእቱ ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ በፈዱ አካል ወንሰግድ ለፈዱ ወልድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘዕሩይ ምስለ አቡሁ ኀር ወመንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።	37 ኣካላዊ ቃል ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ምስ ለዋህ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ማዕረ ንዝኾነ፡ ንሓደ ወልድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰግድ ንዘለዓለም፡ ኣሜን።
ክፍል ፲፰	**ክፍሊ 18**
፴፰ ወዓዲ እምውስተ ዝንቱ መልእክት ንሕነሰ ኢንሰምዮ ለቃል ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ እግዚኡ ለክርስቶስ ከመ ኢንክፍሎ ለፈዱ ክርስቶስ ወልድ ወእግዚእ ኀበ ፪ቱ ወንወድቅ ውስተ ጌጋየ ጽርፈት ሶበ	38 ከምኡ ውን ካብቲ መልእክቲ ኣምጺእና ንዛረብ ኣሎና፥ ንሕናስ ኑቲ ናይ ባህርይ ወልድን ጐይታን ሓደ ክርስቶስ ናብ ክልተ ምእንቲ ከይንኸፍሎ፥ ኑቲ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተወልደ ቃል፡ ናይ ክርስቶስ ገዛኢ እዩ፡ ኣይንብልን ኢና። ንእኡ ገዛኢ እንተ ገበርናዮ ግና ኣብ ክሕደት ኢና

ዘቂርሎስ ም. ፷፫	ዘቂርሎስ ም. 73
ንሬስዮ እግዚአ ለሙቱ። ማቴ ፲፪፡፴፪። ፩ቆሮ ፲፪፡፫።	እንወድቾ። ማቴ 12፡32። 1ይ ቆሮ 12፡3።
፴፱ ውእቱሰ ዘምስለ ሥጋ ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል በ፩ዱ አካል ዘከመ ንቤ ቅድመ ውእቱ አምላከ ኵሉ ዘበአማን ወእግዚአ ኵሉ ወአኮ ሥጋ ገብር ውእቱ ለሙቱ ወኢቃል እግዚእ ውእቱ ለሙቱ ዝንቱሰ ዕበድ ወርስዐት ውእቱ ፈድፋደ ከመ ትእመኑ ከመዝ አው ትበሉ ዘንተ። ፪ቆሮ ፩፡፲፰-፳።	39 'እግዚአብሔር ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ፡' ኢልና ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ፡ ንሱስ ምስ ሥጋ ሓደ እዩ። ንሱ ብሓቂ ናይ ኵሉ ኣምላኽ ናይ ኵሉ ጐይታ እዩ። ሥጋ ናይ ቃል ግዙእ ኣይኮነን፡ ቃል ውን ናይ ሥጋ ገዛኢ ኣይኮነን። ቃል ገዛኢ፡ ሥጋ ድማ ተገዛኢ ከምዝኾነ ክትኣምኑን ክትዛረቡን እዚስ ፈጺሙ ክሕደት እዩ። ነቲ 'ቃል ሥጋ ኮነ' ዝብሎ ውን ምዝንጋዕ እዩ። 2ይ ቆሮ 1፡18-20።
ክፍል ፲፱	**ክፍሊ 19**
፴፩ ወዓዲ እምውስተ ዝንቱ መልእክት ነአምን ከመ ውእቱ ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ወልድ ዋሕድ ዘእግዚአብሔር ወእንዘ ኢይመውት በህላዌሁ ሞተ በሥጋ በእንቲኣነ በከመ ተጽሕፈ ወለሊሁ ይመጽእ በሥጋ ዘተሰቅለ ቦቱ ወተወክፈ ሕማመ። ፩ጴጥ ፫፡፲፱።	40 ከምኡ ውን ካብዚ መልእኽቲ ኣምጺእና ክንዛረብ ኢና፥ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ካብ እግዚኣብሔር **እብ** ዝተወልደ ከምዝኾነ ንኣምን። ብባህሪኡ ዘይመውት እንከሎ ከምቲ ዝተጻሕፈ ምእንታና ብሥጋ ከምዝሞተ ንኣምን። ንሱ ቡቲ ዝተሰቐለሉን ሕማም ዝተቐበለሉን ሥጋ ከም ዝመጽእ ውን ንኣምን ኢና። 1ይ ጴጥ 3፡19።
፴፪ ወእንዘ ኢመዋቲ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በእንተ ኵሉ ወመጠወ ሥጋሁ ለሞት እንዘ ሕይወት ወትንሣኤ ውእቱ በህላዌሁ ከመ ዘበኃይል ኀቡእ ይኪዶ ለሞት ተዋሐዶ በሥጋ ወይኩን በኵረ ልደት ለምውታን ወበኵረ ለእለ ሰከቡ ወይምራሕ ህላዌ ትስብእት ዘእንለ እመሕያው ይዕርግ ኀበ ሕይወት ዘለዓለም ። ዮሐ ፲፪፡፴፪።	41 ብባህሪኡ ሞት ዘይብሉ እንከሎ ምእንቲ ኵሉ ሰብ በኃ ኮይኑ ሞተ። ብባህሪኡ ሕይወትን ትንሣኤን ክኸውን ከሎ ሰብነቱ ንሞት ኣጎሊፉ ሃበ። እዚ ኸኣ ሥጋ ተዋሒዱ ብረቂቕ ሥልጣን፡ ሞት ኽክስዕር፣ ንምዉታን ጀማሪ ትንሣኤን ካብ ሞት ተፈሊኻ ናይ ምትንሣእ መጀመርታን ምእንቲ ክኸውን፥ ንባህርየ ሰብ ውን ናብ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ክድይብ መራሒ ንክኸውን እዩ። ዮሓ 12፡32።
፴፫ ወይእዜሰ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በእንተ ኵሉ ወተንሥአ አመ ሣልስት ዕለት ወፂወወ ሲኦለ ወአኮ ትንሣኤ ምውታን ዘኮነ በሰብአ ባሕቲቱ አላ ንሕነ ነአምር ከመ ቃለ እግዚአብሔር ኮነ ሰብአ ወቦቱ ተመስወ እዘዘ ሞት ወለሊሁ ይመጽእ ድኅረ እንዘ ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ውእቱ በስብሐተ አቡሁ	42 ሕጂ ውን ምእንቲ ኵሉ በኃ ኮይኑ ሞተ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ተንሥኣ። ንሲኦል ማረኸ። ትንሣኤ ምውታን ብዕሩቕ ብእሲ ጥራይ ዝተገብረ ኣይኮነን። ንሕና ቃል እግዚኣብሔር ሰብ ከምዝኾነ፡ ሥልጣን ሞት ውን ብእኡ ከምዝጠፍኣ፡ ደጋር ውን ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ ብምኽኑ፡ ብሓቂ ፈሪዱ ዓለም ከኅልፍ ብጐይትነት ኣቦኡ ንሱ ከምዝመጽእ ደኣ ንፈልጥ፡ ከምቲ ዝተጻሕፈ። ዮሓ 1፡14።

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
ከመ ይኰንን ዓለመ በጽድቅ በከመ ጽሑፍ። ዮሐ ፩፡፲፬። ግብ ሐዋ ፪፡፳፬። ዕብ ፪፡፱-፲፬። ማቴ ፲፮፡፳፯። ፳፭፡፴፩።	ግብ ሐዋ 2፡24። ዕብ 2፡9-14። ማቴ 16፡27። 25፡31።
፵፫ ወዓዲ ይደሉ ለነ ናብጽሕ ዘንተ አሐደ ግብረ ወንሰብክ ሞቶ ለወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ በሥጋ ዘውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወንትአመን ትንሣኤሁ እምነ ምውታን ወዕርገቶ ውስተ ሰማያት።	43 ከምኡ ውን ነዚ ሓደ ሥራሕ ኽንዛረብ ይግባእ። እዚ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ብሥጋ ምማቱ ንምህር ኣሎና። እዚ ኽኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ካብ ሞት ተፈልዩ ምትንሥኡን ናብ ሰማይ ምዕራጉን ንኣምን ኢና።
ክፍል ፳	**ክፍሊ 20**
፵፬ ወዓዲ እምነ ዛቲ መልእክት ዘይደሉ አውግዞቶሙ በመልእክትከ አምላካዊ ናሁ ጸሐፍክዎ ለከ መትሕተ ዛቲ መልእክት እመቦ ዘኢየአምን ከመ አማኑኤል አምላክ ዘበአማን ወድንግልሂ ንጽሕት ከመ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ወወለደት ቃለ እግዚአብሔር ዘተሠገወ ውጉዘ ለይኩን።	44 ከምኡ ውን ካብዛ መልእኽቲ እዚኣ ኣምጺእና ክንዛረብ ኢና÷ ቡቲ ንኣምላኽ እተገልግለሉ ሚመትካ ነቶም መናፍቓን ከተውግዘሉ ዝግባእ ነገር እንሆ ኣብ ታሕቲ ናይ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ጸሓፍኩልካ። ኣማኑኤል ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ንጽሕት ድንግል ውን ወላዲት ኣምላኽ ከም ዝኾነት፣ ሰብ ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ውን ከምዝወለደት ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፵፭ እመቦ ዘኢየአምን በቃለ እግዚአብሔር አብ ከመ ውእቱ ኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ በ፩ዱ አካል ወእግዚእነ ክርስቶስ ከመ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ እንዘ አምላክ ወሰብእ ውእቱ ውጉዘ ለይኩን እመቦ ዘይፈልጥ አካላተ እምድኅረ ተዋሕዶቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወያበጽሕ ዝክተ ስብሐተ አው በትምክሕት አው በኃይል ወይብል አኮ በህላዌ ተዋሕዶ ውጉዘ ለይኩን።	45 ቃል እግዚኣብሔር ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እንከሎ ምስ ሥጋ ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ድኅሪ ተዋሕዶ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣካላት ዝፈሊ እንተሎ፣ ብምስጋና፣ ኣምላኽ ብምባል፣ ተኣምራት ብምግባር እዩ እምበር ተዋሕዶ ብባህርይ ኣይኮነን ዝብል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፵፮ እመቦ ዘይከፍል ቃላተ ወንጌል ንጹሕ ወቃለ ሐዋርያት ኀበ ፪ኤ አካል አው ኀበ ፪ኤ ራእይ አው ቃላተ ዘነበቡ ቅዱሳን በእንተ ክርስቶስ አው ዘተነበዩ ነቢያት በእንቲኣሁ እምቅድሜሁ ወዘይሬስዮ ለትስብእት ወይሌብዎ ለባሕቲቱ በገጸ ፍና እንበለ መለኮት ወካልአ ግብረ ከመ ዘይትኀባእ እምነ ቃል ዘእምእግዚአብሔር አብ ውጉዝ ለይኩን ። ዮሐ ፩፡፲፬። ፲፡፴።	46 ንቃል ቅዱስ ወንጌልን ቃል ሓዋርያትን ዝሓባብል፣ ንክርስቶስ ውን ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ብማለት ዝፈሊ እንተሎ፣ ቅዱሳን ኣበው ብዛዕባ ክርስቶስ ዝበልዎ፣ ነቢያት ውን ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ንዝተዛረብዎ ዘይቅበል እንተሎ፣ ንትስብእት ካብ መለኮት ፈልዩ ንበይኑ ሓደ ወገን እዩ ዝብል፣ ካብ እግዚኣ ብሔር **ኣብ** ዝተረኽበ ቃል ፍሉይ ገይሩ ኃደሮ ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ዮሐ 1፡14። 10፡30። 14፡9። ኢሳ

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
፲፬፡፱። ኢሳ ፯፡፲፬። ዘዳግ ፲፰-፲፰። ዘፍ ፵፱፡፲።	7፡14። ዘዳግ 18፡18። ዘፍ 49፡10 ።
፵፯ እመቦ ዘይትሀበል ወይብል ከመ ክርስቶስ ውእቱ ብእሲ ለባሴ እግዚአብሔር ወአኮ አምላክ ዘበአማን ወኢይቤ ከመ ውእቱ ወልድ ዋሕድ በህላዌ ቃል ዘኮነ ሥጋ ወተሳተፈ ሥጋ ወደመ ከማነ ውጉዘ ለይኩን እመቦ ዘይቤ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምአብ አምላኩ ለክርስቶስ አው እግዚኡ ወዘኢይብል ከመ ለሊሁ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ በከመ ተብህለ በመጽሐፍ እስመ ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ውጉዘ ለይኩን።	47 ክርስቶስ እግዚአብሔር ዝኃደሮ ሰብ እዩ እምበር ኣምላኽ ኣይኮነን ኢሉ ደፊሩ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ፡ ሰብ ዝኾነ ከማና ውን ሥጋን ነፍስን ዝተዋሓደ ቃል ብባህሪኡ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ ዘይዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ካብ አብ ዝተወልደ ቃል እግዚአብሔር ንክርስቶስ ፈጣሪኡ ወይ ጐይታኡ ከም ዝኾነ ዝዛረብ ሰብ፡ መጽሓፍ ከምዝብሎ ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ ዘይዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።
፵፰ እመቦ ዘይቤ ከመ ቃለ እግዚአብሔር ይገብር በኢየሱስ ብእሲ ወስብሐተ ዋሕድ ተራከበ ምስሌሁ ከመ ውእቱ ካልእ እምቃለ እግዚአብሔር ውጉዝ ለይኩን እመቦ ዘተሀበለ ወይቤ ይደሉ ንስግድ ለብእሲ ዘዐርገ ውስተ ሰማይ ምስለ እግዚአብሔር ከመ ይሰባሕ ምስሌሁ አው ይሰመይ አምላከ ምስሌሁ ዘከመ ፩ዱ ምስለ ካልኡ ወይሬስዮ ተውሳከ በኮሉ ጊዜ ወዳእሙ ያበጽሕ ኀቤሁ ዘንተ ስብሐተ ወኢይሴብሖ ለአማኑኤል ቃል ዘኮነ ሥጋ በአሐቲ ስግደት ውጉዝ ለይኩን።	48 ቃል እግዚአብሔር፡ ኢየሱስ ኣብ ዝበሃል ሰብ ኃጺሩ ሥራሑ ከምዝሠርሐ፡ ናይ ሓድነት ክብሪ ውን ብጎድረት ከምዝተ ዋህቦ፡ ካብ ቃል እግዚአብሔር ውን ዝተፈልየ ከምዝኾነ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ብጸይ ምስ ብጸዩ ሓደ ኮይኑ ከምዝነብር፡ ምስኡ ኮይኑ ንክምስገን ወይ ውን ምስኡ ኣምላኽ ንክበሃል፡ ምስ እግዚአብሔር ናብ ሰማይ ንዝዓረገ ሰብ ክንሰግድ ይግባእ ኢሉ ደፊኡ ዝተዛረበ፣ ኵሉ ሳዕ ብጎድረት ሓደ ዝገበሮ፡ ብኽብሪ ጸጋ ጥራሕ ከበረ ዝብሎ፡ ነቲ ሥጋ ተዋሒዱ ኣማኑኤል ዝተባህለ ቃል ሓንቲ ስግደት ብምቕራብ ዘየመስግን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፵፱ እመቦ ዘይብሎ ለ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ይሴባሕ እምኀበ መንፈስ ከመ ይግበር ኃይለ ነኪረ በረድኤቱ ወይነሥእ ኃይለ ወምግባረ እምኔሁ በአውፅኦ መናፍስት ርኩሳን ወይፈጽም መንክራተ መለኮት ዘእንለ እመሕያው ወኢይብል ከመ ዚአሁ ውእቱ መንፈስ ወለሊሁ ይገብር ኃይለ ዘመለኮት ውጉዝ ለይኩን።	49 ጐይታና ኢየሱስ ክርስትስ ብናቱ ረድኤት ግሩም ተኣምራት ምእንቲ ክገብር ብመንፈስ ቅዱስ ከበረ ዝብል፡ ርኩሳን ኣጋንንቲ ንምውጻእ ውን ኃይልን ተኣምራትን ካብ መንፈስ ቅዱስ ይቕበል ኣብ ሰብ ውን ሥራሕ ኣምላኽነት ይሠርሕ ዝብል፡ ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ናይ ባህሪኡ እዩ ሥራሕ ኣምላኽነት ድማ ንሱ ባዕሉ እዩ ዝሠርሕ ዘይብል እንተሎ ንሱ ውጉዝ ይኹን።
፶ ወመጽሐፍኒ ቅዱስ ይብል ወክርስቶስ ከዊኖ ሐዋርያ ወሊቀ ካህናት እምነትነ	50 ቅዱስ መጽሓፍ ውን ክርስቶስ፡- ሓዋርያን እንኣምኖ ሊቀ ካህናትን ኮይኑ ምእንታና

ዘቂርሎስ ም. ፎቮ	ዘቂርሎስ ም. 73
አዕረገ ርእሶ በእንቲአነ ዕጣነ ንጹሐ ወጎሩየ ለእግዚአብሔር አብ እመቦ ዘይብል ይእዜ እስመ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አኮ ውእቱ ዘከነ ሐዋርያ ወሊቀ ካህናት ኢተሠገወ ወኢኮነ ሰብአ ከማነ አላ ካልእ ውእቱ ወብእሲ ዕሩቅ እመለኮት ተወልደ እምብእሲት አው ዘይብል አዕረገ ነፍሶ መሥዋዕተ በእንተ ርእሱ ባሕቲቱ ወአኮ በእንቲአነ ውጉዘ ለይኩን ። ዕብ ፱፡፲፩-፳፰።	ንርእሱ ንጹሕ ጎሩይ ዕጣን ገይሩ ናብ እግዚአብሔር አብ ኣቕረበ ይብል። ከመይ ቃል ካብ እግዚአብሔር ዝተረክበ ስለዝኾነ እዩ። ካልእ እዩ እምበር እቲ ሓዋርያ ሊቀ ካህናት ዝኾነ ንሱ ኣይኮነን፡ ከማና ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ኣይኮነን፡ ኣምላኽነት ዘይብሉ ዕሩቕ ብእሲ ካብ ድንግል ተወልደ ዝብል እንተሎ፣ ንኣና ንምድኃን ዘይኮነስ ርእሱ ንምድኃን ርእሱ መሥዋዕት ገሩ ኣቕረበ ዝብል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ዕብ 9፡11-28።
፶፭ እግዚእነሰ ኢይፈቅድ ያዕርግ መሥዋዕተ በእንተ ርእሱ እስመ ኢያእመረ ኃጢኣተ ግሙራ ወአምላክ ተወካፌ መሥዋዕት ውእቱ እመቦ ዘኢየአምን ከመ ሥጋሁ ለእግዚእነ ፈዋሲ ወማኅየዊ ወከመ ውእቱ ሥጋሁ ለቃል ዘእምእግዚአብሔር አብ ባሕቲቱ ወዳዕሙ ይሬስዮ ካልአ ውዑአ እምኔሁ ውጉዘ ለይኩን ። ኢሳ ፶፫፡፱። ዮሐ ፰፡፵፮። ፩ጴጥ ፪፡፳፪።	51 ጐይታናስ ምእንቲ ርእሱ መሥዋዕቲ ክቕርብ ኣይደልን እዩ። ከመይ ፈጺሙ ኃጢኣት የብሉን። ንሱ መሥዋዕት ዝቕበል ኣምላኽ እዩ። ሥጋ ጐይታና መድኃኒት እዩ። በዓል ቤት ሕይወት ከም ዝኾነ፡ ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረክበ ቃል ጥራይ ሥጋ ከምዝኾነ ዘይኣምን፡ ካብ ቃል ዝተፈልየ ካልእ ዝንብሮ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ኢሳ 53፡9። ዮሐ 8፡46። 1ይ ጴጥ 2፡22።
፶፮ እመቦ ዘይቤ ኃደረ ውስቴቱ ቃል በቅድስና ባሕቲቱ ወኢይብል ከመ ውእቱ ማኅየዊ በከመ አቅደምነ ነጊረ እንዘ ንብል ከመ ውእቱ ሥጋሁ ለቃል ባሕቲቱ ዘቦ ክሂል ያሕዩ ኵሎ ፍጥረተ ውጉዘ ለይኩን።	52 ብምኽንያት ንጽሕና ጥራሕ ኃደሮ ዝብል፡ 'ንኵሉ ፍጥረት ንከድኅን ሥል ጣን ዘለዎ ናይ ቃል ሥጋ ጥራይ እዩ' ኢልና ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ ዘድኅን ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፶፯ ወእመቦ ዘኢየአምን በቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ ወተሰቅለ በሥጋ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ ወከነ በኵረ ትንሣኤ እሙታን በተንሥአ ውጉዘ ለይኩን ንሕነሰ ንብል በከመ ለሊሁ ሐይወ ውእቱኬ አምላክ ማኅየዊ ውእቱ አነ እጼሊ ከመ ትድኃን ወትዘከረኒ አ ፈራሄ እግዚአብሔር ወላእኩ።	53 ብሥጋ ከም ዝሓመመ፡ ብሥጋ ከምዝተሰቐለ፡ ብሥጋ ከምዝሞተ ብምት ንሣኡ ውን ብኵሪ ምዉታን ከምዝኾነ ብቃል እግዚአብሔር ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ንሕና ግና ንሱ ባዕሉ ከምዝተንሥአ ንዛረብ ኣሎና። ከመይ ንሱ ዘድኅን ኣምላኽ እዩ። ኦ ንእግዚአብሔር እትፈርህን እተገልግልን! ንክትድኅንን ክትዝክረንን ኣነ እጽሊ ኣለኹ።

❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬

ምዕራፍ ፎ፬ ክፍል ፭፩

፩ ወካዕበ እምኀበ ዛቲ መልእክት እንተ ጸሐፈ ኀበ ንስጥሮስ ወይቤ ቦ እለ የሐምዩ ሕፀትየ በኀበ ፍቅርከ ወመልእክትከ አምላካዊ በከመ አእመርኩ ወዘንተ ይገብሩ ብዙኃ ጊዜ ያተ አመ ይትጋብኡ ኀቤከ ዓበይተ ሀገር ወይሔልዩ ከመ በዝንቱ ግብር ያስተፍሥሑከ ወይነብቡ በነገረ ዕበድ።

፪ ወለእለኒ ሶበ ንብል ድልዋን እሙንቱ ለኵሃኔ ኢንገፍያሙ ወሶበሂ ይዘል ፍዎሙ ለአዘክሮ በእንተ አፍቅሮ ቢጽ ቦ ዘይብል ገፍዐ ነዳያነ ወዕዉራነ ወቦ ዘይብል ቀተለ እምየ በመጥባሕት ወቦ ዘይብል ነሣእኩ ጠፋልሓ ወርቅ እምነጋዲ ከመ እርባሕ ቦቱ ወገብሩ ሰረቀ እምኔየ ወይብሉ ከመ አሐዩ በዘከመዝ ሕፀፅ በኵሉ መዋዕልየ። ማቴ ፭፡፭፪።

፫ ወዘንተሰ ኢይፈቅድ መኑሂ ይኩን ለጸላእቱ ወሊተሰ ኢያቴክዘኒ ዝንቱ ነገር ከመ ኢይወስክ በዲበ ዓቅምየ ፈድፋደ እምእግዚእየ ወሊቅየ ወእምአበውየኒ ቅዱሳን። ማቴ ፲፡፳፬።

፬ ወአልቦ ዘይፈቅድ ይሕየው በጠዋይ ሕይወት ወለእልክቱሰ መሪር አፉሆሙ ወምሉእ መርገመ ወእሙንቱ ሀለዎሙ ያውሥኡ ለመኰንን ኵሉ። ዕብ ፬፡፲፫። መዝ ፲፬(፲፫)፡፭።ሮሜ ፫፡፲፬።

፭ ወአንሰ ዓዲ እትመየጥ ይእዜ ዘከመ ይደልወኒ ወአዜክረከ ሃይማኖተ በእንተ እግዚእነ ክርስቶስ በነገረ ትምህርት ከመ በኵሉ ርትዕ ትምህር ዘንተ ለሕዝብ እንዘ ትዜክር ቃለ ዘይብል ወዘሰ ያስሕት ፭ደ እምእሉ ንኡሳን እለ የአምኑ በክርስቶስ ይረክብ ዓቢየ መዓተ ወፈድፋደሰ ሚመጠነ ይረክብ

ዘቂርሎስ ም. 74

ምዕራፍ 74 ክፍሊ 21

1 ዳግማይ ውን ናብ ንስጥሮስ ካብ ዝጸሓፉ ካብዛ መልእኽቲ እዚኣ ነምጽእ፥ ኣብ ዝፈትወካን ናይ ኣምላኽ ነገር ኣብ ዝጽሕፈልካን ኣላኻ፡ ጉድለተይ እናልዓሉ ዝዛረቡ ኣለዉ። ኣነ ከምዝፈለጥክዎ፥ ዓበይቲ ዓዲ ምሳኻ ኣብ ዝእከቡሉ ጊዜ ደጋጊሞም ነዚ ይገብሩ ኣለዉ፡ ንኣይ ነቒፎም ንኣኻ ዜሐጉሱ እናመሰሎም ብዕሽነት ይዛረቡ ኣለዉ።

2 እዚኣቶም ከኣ ፍርዲ ዝግብኦም እዮም እንተ በልና ኣይገፋዕናዮምን። ፍቕሪ ብጻይ ስለዘጉደሉ እንተ ጸረፍዎም፡ ነዳያን ዕውራን በደለ ዝብል ኣሎ። ንኣደይ ብሰይፊ ቀተለ ዝብል ውን ኣሎ። ንክረብሓሉ ካብ ነጋዳይ ሚዛን ወርቂ ዝተለቃሕክዎ ባርያኡ ሰሪቑኒ ዝብል ውን ኣሎ። ብዘሎ ኵሉ ዘመነይ ብሽምዚ ዝበለ ተራ ናብራ ከምዝነብር ይዛረቡ ኣለዉ። ማቴ 5፡22።

3 ነዚስ ሓደ እኳ ኣብ ጸላኢኡ ክግበር ኣይፈቱን። ንኣይ ግና እዚ ነገርዚ ኣየጎዝነንን እዩ። ካብ ጐይታይ ካብ መምህረይ ከምኡ ውን ካብ ቅዱሳን ኣቦታተይ ውን ፈጺመ እበልጽ እየ ንከይብል። ማቴ 10፡24።

4 ብክፉእ ናብራ ክነብር ዝፈቱ የልቦን። እዚኣቶምሲ ልሳኖም መሪርን መርገም ዝመልኣን እዩ። ንሳቶም ኑቲ ንኵሉ ዝፈርድ ንእኡ ክምልሱ ኣለዎም። ዕብ 4፡13። መዝ 14(13)፡5። ሮሜ 3፡14።

5 ኣነስ ዳግማይ ሕጂ ከምቲ ዝግብኣኒ ተመሊሰ፥ ኣብቲ ስለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃረሉ ጊዜ ንሃይማኖት ኣተሓሳስበካ ኣሎኹ። 'ካብዞም ንክርስቶስ ዝኣምኑ ናኣሽቱ ንሓደ እኳ ዘስሕት ከቢድ ፍዳ ክቕበል እዩ' ዝበሎ ቃል ዘኪርካ፡ ብዝግባእ ኮይንካ፡ ነዚ ነገር'ዚ ንሕዝቢ ክትምህር፣ ከምዚ እንተኾይኑ ሓደ ንብዙኃት እንተኣስሓተ፡ እንተኣጎዘነ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
ሶበ ያስሕት ፩ዱ ሕዝብ ብዙኃነ ወያቴክዞሙ። ማቴ ፲፰፡፭-፲።	ፈጺሙ ክንደይ ዝኣክል ፍዳ ይቕበል ይኸውን ። ማቴ 18፡6-10።
፭ ወይእዜኒ ኢንኩን አርአያ በምንትኒ ለእለ ይትዐቀፉ ወዳእሙ ናእትት ኮሎ ስሕተተ በየዋሃት ወበልቡና ወንክሥት ነገረ ሃይማኖት ርትዕት ለእለ ይሴአሉነ በእንተ ጽድቅ ወዝንቱ ይከውነነ ሥነ ርትዕ ሶበ ንተሉ ነገረ አበዊነ ቅዱሳን።	6 ሕጅ ውን ነቶም ዝጠራጠሩ ሰባት ፍጹም ንክሕደት ኣብነት ኣይንኹን። ብፍልጠት ብቕንዕና ኮይንና ኮሉ ስሕተት ነርጎቕ ደኣ እምበር። ነገረ ተዋሕዶ ንዝሓቱና ውን ናይዛ ቕንዕቲ ሃይማኖት ነገር ነረድእ ደኣ እምበር። ንትምህርቲ ቅዱሳን ኣቦታትና እንተኃዝና ዓስቢ ቕንዕና የውህበና እዩ።
፮ ወንሕነኒ ናፍጥን እንከ ከመ ነህሉ ውስተ ሃይማኖት ርትዕት በከመ ጽሑፍ ወንሥራዕ አልባቢነ ከመ ንትሉ ስብሐተ ርቱዐ ዘረከቡ እልክቱ። ዕብ ፬፡፲፬። ፪ ጢሞ ፬፡፰።	7 ንሕና ውን ኣብ ቕንዕቲ ሃይማኖት ምንባር ንፍቶ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ንሳቶም ዝረኸብዎ ዘይኃልፍ ክብሪ ኝኽትረክብ ልቦናና ንወሰን። ዕብ 4፡14። 2ይ ጢሞ 4፡8።
፯ ይቤሉ ጉባኤ አበው ቅዱሳን እስመ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር በህላዌ አምላክ ጽድቅ ዘእምአምላክ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘቦቱ ገብረ አብ ኮሎ ወረደ ወተሠገወ ወኮነ ሰብአ ሐመ ወሞተ ወተንሥአ አመ ሣልስት ዕለት ወዐርገ ውስተ ሰማያት።	8 ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ 318 ቅዱሳን ኣቦታት÷ ብባህሪኡ ወልደ እግዚኣብሔር ዝኾነ፡ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ እቡ ንኮሉ ዝፈጠረሉ፡ ወልድ ዋሕድ ወረደ፣ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ፡ ሓመመ ሞተ ብሣልሳይ መዓልቱ ኽኣ ተንሥኣ ናብ ሰማይ ከኣ ዓረገ በሉ።
፰ ወበእንተዝ ይደልወነ ለነሂ ዓዲ ከመ ንትአመን ወንትሉ ዘንተ ነገረ ወሃይማኖት ወንዘከር ምንት ውእቱዝ ዘተብህለ ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኮነ ሰብአ ወኢንበል እስመ ህላዌሁ ለቃል ተወለጠ ወኮነ ሥጋ ውእቱሰ ኢተመይጠ ለኮዊነ ሰብእ ባሕቲቱ ዘውእቱ እምነ ነፍስ ወሥጋ።	9 ስለዚ ንሕና ውን ንክንኣምን ትምህርትና ሃይማኖትና ክንጎዝ ይግብኣና። ቃል ምስ ሥጋ ከም ዝተዋሓደ፡ ሰብ ውን ከምዝኾነ ንሕሰብ። ባህርየ ቃል ተለዊጡ ሰብ ኮይኑ ኣይንበል። ንሱስ ካብ ነፍስን ሥጋን ናብ ዝተረኽበ ሰብ ጥራይ ናብ ምኻን ኣይተለወጠን።
፲ ወባሕቱ ንበል ከመ ውእቱ ነሥአ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወተዋሐደ ቃል ምስለ ነፍስ ነባቢት ወሥጋ በ፩ዱ አካል በዘኢይትነገር አምላል ወበዘኢይትአመር ወኮነ ሰብአ ወተሰምየ ወልደ እጓለ እመሕያው።	10 ንሱ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ከምዝወሰደ፡ ብዘይ ምርመር ብዘይንገር ተዋሕዶ ቃል ሓደ ኣካል ብምኻን ምስ እትዛረብ ነፍስን ሥጋን ከምዝተዋሓደ፡ ሰብ ኮይኑ ውን ወዲ ኣዳም ከምዝተባህለ ደኣ ንዛረብ እምበር።
፲፩ ወአኮ በሐልዮ ወበሥምረት ባሕቲቱ ወኢነሥአ አርአያ ባሕቲቶ ይኩኖ ተውሳከ ወኢሂ ብዙኃ ህላዌያተ	11 ሓሲቡ ፈትዩ ጥራይ ዝተረፈ ኣይኮነን። ተወሳኺ ንክኾኖ ንምምሳል ጥራይ ኣይወሰደን። ብሓቀኛ ተዋሕዶ ዝተፈላለዩ ዝኾኑ ብዙኃት ባህርያት ውን

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
ዘዘዚአሆሙ እለ የኀብሩ በበይና ቲሆሙ በተዋሕዶ ዘበአማን አላ ፭ዱ ውእቱ እም፪ቱ ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ።	ኣይወሰደን። ካብ ክልቲኦም መለኮትን ትስብእትን ደኣ ሓደ ኮነ እምበር።
፲፪ ወበእንተ ተዋሕዶሂ ኢንቶስሕ ፪ተ ህላዌያተ ወፈድፋደሰ ነአምሮ ለ፭ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልድ በመለኮቱ ወበትስብእቱ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር አኮኑ ትብሉ ከመዝ እስመ ውእቱ ህልው እምቅድመ ዓለም ወለሊሁ ተወልደ እምአብ ወዓዲ ተወልደ በሥጋ እምብእሲት ። ዮሓ ፩፡፩-፲፬። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፲፫፡፰።	12 ብምኽንያት ተዋሕዶ ድማ ነዞም ክልተ ባህርያት ኣይንሓዋውሶምን ኢና። ንሓደ ወልድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብመለኮቱን ብትስብእቱን ብዘይምርመር ተዋሕዶ ከምዝኾነ ፈጺምና ንፈልጦ ኢና። ቅድመ ዓለም ከምዝነበረ፡ ንሱ ካብ **አብ** ከምዝተወልደ፡ ዳጎራይ ውን ብሥጋ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ፡ ከምዚ ዶ ኣይትብሉን ኢኹም። ዮሓ 1፡1-14። ገላ 4፡4። ዕብ 13፡8።
፲፫ ወአኮ ጥንተ መለኮቱ እምድንግል እስመ ኢይፈቅድ ኀበ ካልእ ልደት ለመለኮቱ እምድኅረ ልደቱ እምአብ ወዝንቱሰ ዕበድ ወሐሰት ውእቱ ከመ ይትበሃል ለዘእምቅድመ ዓለም ህልው ውእቱ በኵሉ ጊዜ ምስለ አብ ፈቀደ ካልአ ልደተ በመለኮቱ ይትወለድ ዳግመ።	13 ናይ መለኮቱ ምርካብ ውን ካብ ድንግል ኣይኮነን። ድኅሪ ካብ **አብ** ምውላዱ ንመለኮቱ ካልኣይ ልደት ኣየድልዮን እዩ። ነቲ ቅድመ ዓለም ዝነበረ ብኵሉ ጊዜ ውን ምስ **አብ** ዝነብር፡ ብመለኮቱ ካልኣይ ንክውለድ ካልኣይ ልደት ፈተወ ተባሂሉ ኽንገረሉ እዝስ ክሕደት እዩ ሓሶት ውን እዩ።
፲፬ ወባሕቱ በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ ኮነ ፭ደ ዘምስለ ትስብእት በ፭ዱ አካል ወተወልደ እምብእሲት ወከመዝ ውእቱ ልደቱ በሥጋ ወአኮ ዘተወልደ ቅድመ ከመ ኵሉ እምድንግል ንጽሕት ወእምድኅረዝ ወረደ ላዕሌሁ ቃል ወባሕቱ ተዋሐደ እምከርሠ ወተዐገሠ ልደተ በሥጋ ወለሊሁ ተወክፈ ልደተ በሥጋ ባሕቲቱ።	14 ምእንታና ንኣና ውን ንምድኃን ብሓደ ኣካል ምስ ትስብእት ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ካብ ድንግል ደኣ ተወልደ እምበር። ብሥጋ ምውላዱ ውን ከምዚ እዩ። ከም ኵሉ ሰብ ኣቐዲሙ ካብ ንጽሕት ድንግል ተወሊዱ ብድኅርዚ ቃል ዝኾደሮ ኣይኮነን። ካብ ማኅፀን ጀሚሩ ተዋሓደ። ብሥጋ ምውላድ ፈተወን ንሱ ባዕሉ ብሥጋ ምውላድ ገንዘብ ገበረን።
፲፭ ወከመዝ ንብል ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ወተንሥአ ወኢሐመ ቃል በህላዌሁ አመ ተዐገሠ ቅሥፈተ ወስቀሎተ ቅንዋት ወተረፈ ሕማማት ወኢሐማሚ ውእቱ በመለኮቱ እስመ ኢኮነ ሥጋ ወዳእሙ በሥጋሁ ባሕቲቱ ሐመ ወለእሌንቱ ሕማማት ይትበሀል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ተወክፎ በእንቲአነ።	15 ብሥጋ ተወልደ ከይንብል ብሥጋ ሞተ ተንሥአ ንብል ኣሎና። ቃል ነቲ መግረፍትን ምሽንካርን ዝተረፈ መከራን ናቱ ምስ ገበረ ብባህሪኡ ኣይሓመመን። ከመይ ብቐድሙ ሥጋ ስለዘይኮነ። ሰብ ብምኻኑ ጥራይ ሓመመ እምበር ብመለኮቱ ሕማም የብሉን። እቶም ሕማማት ውን ንሱ ምእንታና ከም ዝተቐበሎም ይንገር።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
፲፮ ወዘኢየሐምም ኮነ በሥጋ ዘየሐምም ወበዝንቱ አምሳል ባሕቲቱ ነአምን ሞቶ ወቃለ እግዚአብሔርሰ ኢየሐምም ወኢይማስን በህላዌሁ ወዳእሙ ውእቱ ሕይወት ዘያሐዩ ኮሎ።	16 እቲ ዘይሓምም ብዝሓምም ሥጋ ተረኽበ፡ በዚ ኣበሃህላ'ዚ ጥራይ ምማቱ ንኣምን። ቃል እግዚኣብሔር ግና ንኮሉ ዘድኅን ሕይወት እዩ እምበር ብባህሪኡ ኣይሓምምን ኣይልወጥን እዩ።
፲፯ ወሥጋሁኒ ዓዲ ሎቱ ለባሕቲቱ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በከመ ጽሑፍ ዘይቤ ጳውሎስ ከመ ውእቱ ጥዕመ ሞተ በእንተ ኵሉ ወሕማመ ሞቱሂ ዘኮነ በእንቲኣነ አኮ ዘጥዕመ ሞተ በመለኮቱ ዝንቱሰ ዕበድ ከመ ይትበሀል አው ከመ ይትሐለይ ወባሕቱ በከመ እቤ ይእዜ ጥዕመ ሞተ በሥጋ። ፊልጵ ፪፡፰። ዕብ ፪፡፱። ፪ቆሮ ፭፡፲፬።	17 ሥጋኡ ንእኡ ጥራይ ገንዘቡ እዩ። ውህበት እግዚኣብሔር ኮይኑ ውን ሞተ። ንሱ ምእንቲ ኵሉ ከም ዝሞተ ጳውሎስ ከምዝበሎ፡ እቲ ሞት ዘስዓበ ሕማሙ ዝተገብረ ምእንታና እዩ። ዝሞተ ኸኣ ብመለኮቱ ኣይኮነን፡ ብባህሪኡ ሞት ተባሂሉ ክንገር ወይ ክሕሰብ ኣይግባእን እዩ። ከምቲ ሕጂ ዝበልክዎ ብሥጋ ሞተ በለ እምበር። ፊል 2፡8። ዕብ 2፡9። 2ይ ቆሮ 5፡14።
፲፰ ወከማሁ ዓዲ ተንሥአ በሥጋሁ ወትንሣኤ ሥጋሂ ይትበሀል በእንተ መለኮት እንዘ ኢይወድቅ ግሙራ መለኮት ውስተ ሞት ዳእሙ በሥጋሁ ጥዕመ ሞተ ወተንሥአ ወከመዝ ንሕነ ነአምን ከመ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ወለሊሁ እግዚእ። ማቴ ፳፰፡፮።	18 ብሥጋ ከምቲ ከምዝሞተ ከምኡ ውን ብሥጋ ተንሥአ። መለኮቱ ሞት ዘይብሉ እንከሎ ናይ ሥጋ ምትንሣእ ንመለኮት ይንገር። ብሥጋ ሞይቱ ተንሥአ ኸኣ እምበር። ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ጐይታ ውን ከምዝኾነ ኢና ንኣምን። ማቴ 28፡6።
፲፱ ወአኮ ንሕነ ከመ ዘይሰግድ ለሰብእ ወለቃል ከመ ኢይኩን ምትሐተ ወፍልጠተ አመ ሶበ ንብሎ ከመ ውእቱ ፩ዱ ምስለ ካልእ አላ ንሕነሰ ንሰግድ ለ፩ዱ ባሕቲቱ እስመ ሥጋ ኢኮነ ነኪረ እምነ ቃል አላ ፩ዱ ውእቱ ባሕቲቱ ምስሌሁ ወለሊሁ ይነብር ምስለ አብ ወአኮ ፪ቱ ዘይነብሩ በበይናቲሆሙ አላ ፩ዱ ውእቱ ዘከመ ተዋሕዶተ ሥጋ ዘነሥአ። ዮሐ ፩፡፲፩-፲፰።ማር ፲፮፡፲፱። ቈላ ፫፡፩።	19 ንሕና ከምቲ 'ንቃልን ሥጋን' ኢሉ ፈልዩ ዝሰግድ ኣይኮናን። እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ተጸጊዑ ከምዝነብር ሓደ ኮነ ኢልና እንተተዛረብና ምትሓት ምፍላይ ምእንቲ ከይከውን ንሕናስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ንዝኾነ ንእኡ ጥራሕ ኢና ንሰግድ። ከመይ ምስ ቃል ሓደ እዩ እምበር እቲ ሥጋ ካብ ቃል ፍሉይ ኣይኮነን። ንሱ ውን ምስ **አብ** ይነብር። ክልቲኦም ቃልን ሥጋን ነንበይኖም ተፈላ ልዮም ዝነብሩ ኣይኮኑን። እቲ ዝወሰዶ ሥጋ ዝተዋሓደ ብምኻኑ ሓደ እዩ እምበር። ዮሓ 1፡14-18። ማር 16፡19። ቈላ 3፡1።
፳ እመሰ ንሕነ አስተትነ ተዋሕዶተ አካል ከመ ኢይደሉ ይኩን ዝንቱ ወአልቦቱ ጽንዕ ንሕነ ንወድቅ በብሂለ ፪ቱ ወያጌብረነ ንፍልጥ ወንበል በእንተ ብእሲ ባሕቲቱ ከመ ቦቱ ስም ወክብረ ወልድ ወዓዲ ንፍልጥ ቃለ	20 ብኣካል ብባህርይ ሓደ ምኻኑ እዚ ኽግበር ከምዘይግባእን ጽንዓት ከምዘይብሉን ጌርና፡ እንተ ነቐፍና ግና ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣብ ምባል ንወድቐ። እቲ ሥጋ ጥራይ ናይ ውልድነት ስም ናይ ውልድነት ክብሪ ከምዘለዎ ጌርና ፈሊና ንክንዛረብ ግዲ ይኾነና። ነቲ ቃል

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
እግዚአብሔር በባሕቲቱ ወቦቱ ስመ ወክብረ ወልድ በህላዌ።	እግዚአብሔር ውን ንበይኑ ፈሊና ናይ ውልድነት ስም ናይ ውልድነት ክብሪ ከምዘለዎ ጌርና ንክንዛረብ ግዲ ይኾነና ማለት እዩ።
፷፭ ኢይደሉ ግሙራ ንፍልጦ ለ፩ዱ ባሕቲቱ ክርስቶስ ኢየሱስ እግዚእነ ወኢንፈስዮ ፪ተ ወበዝንቱ ምግባር ኢይትረከብ ኂሩት በምንትኒ እምነ አምሳላት እንዘ ቃለ ሃይማኖት ርትዕት በሎሉ።	21 ነቲ ሓደ በይኑ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ክንከፍሎ ክልተ ክንገብሮ ኣይግባእን እዩ። እታ ትምህርተ ሃይማኖት ብሎሉ ቅንዕቲ ክትከውን ከላ፡ በዚ ምግባር'ዚ ካብ ኣዘራርባ ግና ብዝኾነ ነገር ሓቀኛ ኣይርከብን እዩ።
፷፮ ወእመቦ ዘይብል እስመ ተዋሕዶ ኮነ በፍልጠተ አካላት ባሕቲቱ ኢይቤ መጽሐፍ ከመ ቃል ተዋሐደ በአካል ብእሲ ባሕቲቱ አላ ይቤ ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ወተሳተፈ ሥጋ ወደመ ዘከማነ ነሢአ ሥጋ ኮነ ብእሴ ወተወልደ እምብእሲት ወኢተወለጠ እምህላዌ መለኮቱ።	22 ተዋሕዶ፡- 'ኣካላት ብምፍላይ' ጥራይ ከም ዝተገብረ ዝዛረብ እንተሎ፡ ቃል ብኣካል ሰብ ጥራይ ከምዝተዋሓደ መጽሓፍ ኣይተ ዛረበን። እቲ ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ከም ናትና ዝኾነ ሥጋን ነፍስን ከምዝተዋሓደ ደኣ ተዛረበ እምበር። ሥጋ ወሲዱ ሰብ ኮነ፡ ካብ ድንግል ውን ተወልደ፡ ካብ ባህርይ ጐይትነቱ ውን ኣይተለወጠን።
፷፯ ለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር አብ ወሶበሂ ተሠገወ ነበረ ከመ ዘቀዳሚ ህላዌ ወቦቱ ንሰብክ ከመዝ ቃለ ሃይማኖት ርትዕት በሎሎን መካናት ወከመዝ አምኑ አበዊነ ወከመዝ ተመክሑ አመ ሰመይዎ ለድንግል ንጽሕት ወላዲተ እግዚአብሔር። ዮሐ ፩፡፲፬። ፩ቆሮ ፩፡፴፩። ፪ቆሮ ፲፡፲፯።	23 ንሱ ካብ እግዚአብሔር **ኣብ** ተወልደ። ሰብ እኳ እንተኾነ ከምቲ ቀዳማይ ባህሪኡ ጸኒዑ ነበረ። ብእኡ ኣሚንና ነታ ቅንዕቲ ትምህርተ ሃይማኖት ኣብ በቦታኡ ንምህር ኣሎና። ኣቦታትና ውን ከምዚ ኢሎም ኣመኑ፡ 'ንጽሕት ድንግል ወላዲት እግዚኣብሔር እያ' ኣብ ዝበልዋ ጊዜ ከምዚ ኢሎም ተሓቢኖም ተዛረቡ። ዮሓ 1፡14። 1ይ ቆሮ 1፡31። 2ይ ቆሮ 10፡17።
፷፰ አኮ ጥንተ ህላዌሁ ለቃል እምድንግል ንጽሕት አላ ተወልደ እምኔሃ በሥጋ ንጹሕ ዘውእቱ ቃል ወሥጋ ፍጹም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ዘተዋሐደ ቦቱ ቃል በ፩ዱ አካል ወከመዝ ውእቱ ልደቱ በሥጋ።	24 ናይ ቃል ናይ ባህርይ ምርካብ ካብ ንጽሕት ድንግል ኣይኮነን። ብንጹሕ ሥጋ ካብኣ ተወልደ ደኣ እምበር። እዚ ኸኣ ቃል እዩ። ሓደ ኣካል ብምኻን ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ትዛረብ ነፍሲ ዘለዎ ፍጹም ሥጋ እዩ። ብሥጋ ዝተወልዶ ልደት ውን ከምዚ እዩ።
፷፱ ወዘንተ ጸሐፍኩ ለከ ይእዜ በፍቅረ ክርስቶስ ወእስእለከ ዘከመ እጎው ወእከውን ስምዐ በቅድመ ክርስቶስ ወመላእክቲሁ ቅዱሳን ወክቡራን ከመ ትእመን በዝንቱ ወትገሥጽ ቦቱ ካልአነ ወትከውን ሰላመ ቤተ ክርስቲያን ርትዕት በፍጹም ማእሠር	25 ብፍቕሪ ክርስቶስ ጸኒዔ ሎሚ ነዚ ጸሓፍኩልካ። ኃወይ ብምኻንካ ውን እልምነካ ኣሎኹ። በዚ ሃይማኖትና'ዚ ጸኒዕካ ክትነብር፡ ካልኦት ውን ንክትምህር ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ፡ ኣብ ቅድሚ ንጹሓንን ክቡራንን መላእኽቲ እምስክር ኣሎኹ። ከምዚ እንተ ደኣ ኾይኑ እታ ቅንዕቲ ቤተ ክርስቲያን ፍቕሪ ብዘለዎ ፍጹም

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
ዘቦቱ ፍቅር ወስንዕው የሀሉ ምስለ ካህናተ እግዚአብሔር። **ክፍል ፭፪** ፭፮ ጸሐፈ ዝንቱ መምህር ቄርሎስ በእንተ ሃይማኖት ኀበ ንስጥሮስ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘይከፍል ቃላተ ዘውስተ መጻሕፍት ዘተብህለ በእንተ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ገጽ አው ኀበ ፪ቱ አካል ወቦ እለ ይብሉ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ውእቱ ባሕቲቱ ወይገብር ግብረ ዘይደሉ ለመለኮት ወትስብእትሂ ዘነሥአ እምድንግል ካልእ ውእቱ ወውጹእ እምእግዚአብሔር ቃል ወይገብር ግብረ ዘሥጋ።	ሓድነት ሰላም ትኸውን። ስምምዕ ዘለዎ ልቢ ውን ምስ ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ይሃሉ። **ክፍሊ 22** 26 እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ነገረ ሃይማኖት ጽሒፉ ናብ ንስጥሮስ ለኣኸ። ብዛዕባ ክርስቶስ ኣብ መጽሓፍ ዝተነግረ፥ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሉ ዝኸፍል መን እዩ፡ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተረኽበ ቃል ንበይኑ ፍሉይ ከምዝኾነ፡ ንመለኮት ዝግባእ ሥራሕ ከምዝሠርሕ፡ ካብ ድንግል ዝወሰዶ ትስብእት ውን ካብ ቃል እግዚኣብሔር ብኣካል ኮነ ብባህርይ ፍሉይ ከምዝኾነ፡ ሥራሕ ሰብነት ውን ከምዝሠርሕ ዝዛረቡ ኣለዉ። 27 እቶም ከምዚ ዝብሉስ ፍርዲ ዝግብኦም እዮም። እቶም ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር (ሓዋርያትን 318 ሊቃውንትን) ግና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ ኢሎም ኣለዉ፡ ኣነ ውን ከምኣቶም ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እብል። ከመይ እዞም ቃላት እዚኣቶም ትምህርቲ ንክኾኑ ጽሒፍና ኣሎና። ዮሓ 1፡18 1ይ ቆሮ 8፡6። 28 ብዛዕባ ክርስቶስ ኣብ ዝተነግረ ተዋሕዶ፡ ብዝኾነ ይኹን ሥራሕ ምልዋጥ ከም ዘለው ኣይተዛረብናን። ነዞም ብዛዕባ ተዋሕዶ ዝተነግሩ ቃላት ንዝፈላልዮም ማለት ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተረኽበ ቃል ንበይኑ ሓደ ወገን እዩ፡ ካብ ድንግል ዝተረኽበ ትስብእት ውን ንበይኑ ሓደ ወገን እዩ ንዝብል ግና ፈጺምና እንሆ ፈሊናዮ ኣሎና፡ ንዘለዓለም ውን ዝተፈለየ ጌርናዮ ኣሎና። ማቴ 18፡15-19። 1ይ ቆሮ 5፡4። 2ይ ተሰሎ 3፡14። ቲቶ 3፡10። 29 ንሕናስ ብዝግባእ ንኣምን ኢና። ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ኣካላዊ ቃል ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ፡ ነቲ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተረኽበ ቃል ከመይ ኢሉ ሥጋ ከምዝኾነ ብምንታይ ዓይነት ውን ሰብ ከምዝኾነ ሥራሑ መርሚሩ ዝፈልጥ መን እዩ፡ ከመይ ከምዝተጻሕፈ

ዘቁርሎስ ም. ፎ፬	ዘቁርሎስ ም. 74
ነሥአ አርአያ ገብር ወኮነ በአምሳለ ሰብእ በከመ ጽሑፍ ። ፊል ፪፡፯።	ንሱ ባህርየ ኣዳም ወሲዱ እዩ ብመልክዕ ሰብ ውን ተረኺቡ እዩ። ፊል 2÷7።
፴ ወበዝንቱ ዓዲ ንሕነ ነአምሮ ከመ ውእቱ ፩ዱ እም፪ቱ ህላዌያት እለ ኢየኀብሩ ግብረ እስመ አኮ ውእቱ ዘነበረ በ፩ዱ ግብር ዕሩየ ህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት እምቀዲሙ ወእመ ኮነ እፎ ሠምረ እንዘ ውእቱ ባሕቲቱ ኀበ ግብር ትሑት ወኀሡር ዘይደሉ ብነ።	30 ብቕድሙ ብሥራሕ ሓደ ካብ ዘይኮኑ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ንሕና በዚ ንፈልጥ ኢና። ካብ ጥንቱ ውን ባህርየ መለኮትን ባህርየ ትስብእትን ብባህርይ ብሥራሕ ሓደ ኮይኑ ዝነበረ ኣይኮነን። ፍሉይ እንተዘይከውን ደኣ እሞ፣ ቃል ኣምላኽ እንከሎ ንኣና ንምድኃን ነቲ ዝተናዕቀ ዝተዋረደ ሥጋ ወሲዱ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሰብ ንክኸውን ከመይ ኢሉ ፈተወ፡ ።
፴፩ ወይእዜኒ ለእመ ንሕነ ሐተትነ ከመ ናእምር አርአያ ትስብእቱ ወአምሳለ ዘቦቱ ኮኑ አሐደ ፪ቱ ህላዌያት እለ ኢየኀብሩ ግብረ ወኀቡረ በ፩ዱ ተዋሕዶ እንዘ ኢይትፈለጡ ኢንክል ንትናገር ወዘእንበለ ኑፋቄ ልቡ ለሰብእ ዘየአምር ለሊሁ የአምር ዘኮነ ተዋሕዶ ፪ቱ ህላዌያት ወኢይሬሲ ፍልጠተ ማዕከሌሆሙ ግሙራ አላ የአምን በ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚአብሔር ወልደ እግዚአብሔር ፩ዱ ህላዌ እም፪ቱ ህላዌያት ወይትዌከፍ ሃይማኖተ በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት።	31 ሕጂ ውን ነቲ ሰብ ዝኾነሉ ምሥጢር፣ ብሥራሕ ሓደ ዘይነበሩ ክልተ ባህርያት ሓደ ዝኾኑሉ፣ብሓደ ተዋሕዶ ከይተፈላለዩ ዝተዋሓዱሉ ነገር ንክንፈልጥ ምስ እንምርምር ምዝራቡ ኣይከኣለናን እዩ። ልቢ ፈላጥ ሰብ፣ ነቲ ካብ ክልተ ባህርያት ዝተረኽበ ተዋሕዶ ብዘይጥርጥር ይፈልጥ። ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ባህርይ ብዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር ብሓደ ጐይታ እግዚኣብሔር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይኣምን ደኣ እምበር ብፍጹም ፍሉያት እዮም ኣይብልን። ከይፈለኻ ብተዋሕዶ ምእማን ከኣ ይቕበል።
፴፪ ወሃይማኖቱሰ ለንስጥሮስ ሙሱን ርጉቅ ውእቱ እምዝንቱ ጥቀ ለሊሁሰ ይብል በሃይማኖቱ ከመ አምላክ ቃል ሥጋ ኮነ ወኮነ ሰብአ ወኢያእመረ ኃይለ ትሥጉቱ ወባሕቱ ይብል ፪ቱ ህላዌያት ወይፈልጡሙ በበይናቲሆሙ።	32 እቲ ጥፉእ ክፉእ ዝኾነ ሃይማኖት ንስጥሮስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ካብ ምባል ፈጺሙ ዝረሓቐ እዩ። ንሱስ ከም ሃይማኖቱ ኣምላኽ ቃል ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ከምዝኾነ ይዛረብ፣ ምሥጢር ተዋሕዶ ግና ኣይፈልጥን። ባህርያት ክልተ እዮም ይብል፣ ነንበይኖም ውን ይፈላልዮም።
፴፫ ወይሬስዮ ለቃለ እግዚአብሔር ለፈ ባሕቲቱ ወለብእሲ ዘተዋሐደ ቦቱ እግዚአብሔር ቃል በካልእ ለፈ ዘከመ ውእቱ ተሳተፈ ዕሪና ወከብረ ዘመለኮት ወለሊሁሰ ይብል ከመዝ።	33 ንእግዚኣብሔር ቃል ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ይገብሮ፣ ነቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ ድማ ሓደ ወገን እዩ ይብል። ነቲ ናይ መለኮት ክብርን ማዕርነትን ድማ ብጎድረት ከምዝረኸበ ጌሩ ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ይገብሮ። ንሱ ከምዚ እዩ ዝብል።
፴፬ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ኢኮነ ፍሉጠ እምብእሲ ወበእንተዝ	34 እግዚኣብሔር ቃል ካብ ሥጋ ፍሉይ ኣይኮነን። ስለዚ ኣነ ውን ንሥጋ ብኽብሪ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፬	ዘቂርሎስ ም. 74
ኢይፈልጥ አነሂ ዓዲ ክብረ እምዘኢይትፈልጥ እምኔሁ በስብሐት ወለፀቱ ህላዌያት ኢይቶስሑሙ በበይናቲሆሙ ወኢይፈልጠሙ በተዋሕዶ እፈስያ ለስግደት አሐተ ወዓዲ ካልአን እለ በአንጸኪያ የአምርዎ ለክርስቶስ ከመዝ ወዳእሙ ይብሉ ከመ ፀቱ ህላዌያት ይትዌለጡ ንሕነሰ ነአምን እስመ ዝንቱ ሕፀፅ ለመለኮት ወዝንቱ ግብር ኢይደሉ ግሙራ በህላዌ መለኮት ወበህላዌ ትስብእት ወበከመ እቤ ቅድመ ኢይቶስሑ ወኢይትፈለጡ ።	ካብኡ ካብ ዘይፍለ ካብ ቃል፡ ብኽብሪ ኣይፈልዮን እየ። ነዞም ክልተ ባህርያት ውን ነንሓድሕዶም ኣይሓዋውሶምን ኣይከፍሎምን እየ፡ ብተዋሕዶ ድማ ሓደ ስግደት እሰግድ። ከምኡ ውን ኣብ ኣንጾኪያ ዘለዉ መናፍቓን፡ ክርስቶስ ሓደ ከምዝኾነ ይፈልጡ እዮም ግና ክልተ ባህርያት ከምዝልወጡ ይዛረቡ። ንሕና ግና እዚ ንመለኮት ሕፀፅ ከምዝኾነ ንዛረብ። እዚ ሥራሕ እዚ ውን ኣብ ባህርየ መለኮትን ኣብ ባህርየ ትስብእትን ክንገር ኣይግባእን እዩ። ኣቐዲመ ከም ዝበልክዎ ውን ኣይተሓዋወሱን ኣይፈላለዩን እዮም።
፴፭ ወዓዲ ይብሉ እስመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ወበከመ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ትስብእቱ እንከሰ ፩ዱ አካል ውእቱ በቱሳሔ አንሰ ኢይፈልጥ በኵሉ አርአያ ለዘኮነ ፩ደ ወኢይቶስሕኒ ወአንትሙኒ ኢትትወከፉ ፍልጠተ ፀቱ ህላዌያት በከመ ተህበለ ዝክቱ ነዳይ ንስጥሮስ ይትአመን ከመዝ ዘረከበ ንዴቶ ለዉቱ ለባሕቲቱ ይነብብ ቦቱ። ቲቶ ፫፡፲።	35 ከምኡ ውን እዞም መናፍቓን ‘ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ፡ ምስ ትስብእት ሓደ ከም ምኻኑ መጠን ድማ እምበኣር ብምትሕውሳስ ሓደ ኣካል እዩ’ ይብሉ። ኣነስ ኑቲ ሓደ ዝኾነ ብባህርይን ብግብርን ኣይፈላልይን፡ ብምትሕውሳስ ውን ሓደ ኮኑ ኣይብልን እየ። ንሸኻት ኩም ግና እቲ ናይ ፍልጠት ድኻ ዝኾነ ንስጥሮስ ደፊሩ ንዝበሎ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢልኩም ኣይትእመኑ። እቲ ዝረኸቦ ድንቁርና ንበይኑ ጥራይ ጎደጉሉ ይለፍልፈሉ። ቲቶ 3፡10
፴፮ ወበጎበ ዝንቱ ባሕቲቱ ተፈልጠ ቃለ መጻሕፍት ወኢይትበሀል እንከ ዘከመ ንባበ ዝክቱ ዘይቤ ዘይትበሀል በእንተ ቃለ እግዚአብሔር አብ ባሕቲቱ ወቦ ዘይትበሀል በእንተ ወልድ ዘውእቱ እማርያም ከመ ካልእ ውእቱ እምነ ቃል ወለፌ ባሕቲቱ።፩ቆሮ ፲፭፡፫። ቲቶ ፩፡፲-፲፩።	36 ቃል መጻሕፍት ውን ብእኡ ጥራይ ተለወጠ። ከምቲ ‘ብዛዕባ ቃል እግዚኣብሔር **ኣብ** ንበይኑ ዝንገር ኣሎ፡ ካብ ድንግል ማርያም ንዝተወልደ **ወልድ** ውን ካብ ቃል ፈሊኻ ብሓደ ወገን ንበይኑ ዝንገር ኣሎ’ ክብል ንስጥሮስ ዝዛረቦ ፈጺሙ ኣይብሃልን እዩ። 1ይ ቆሮ 12፡3። ቲቶ 1፡10-11።
፴፯ ወመጻሕፍትሰ ቦ ዘይቤላ በእንተ መለኮቱ ወቦ ዘይቤላ በእንተ ትስብእቱ እንዘ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ወቦ ዘይቤላ በእንተ መለኮቱ ወትስብእቱ ኅቡረ እብል አነሂ ዘንተ ከመ ቦ እምእልክቱ ቃላት ዘይደሉ ለመለኮት ወቦ ካልእ ዘይደሉ ለትስብእት	37 መጻሕፍቲ ግና ብዛዕባ ኣምላኽነቱ ዝዛረብዎ ኣሎ። ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ውን ዝናገርዎ ኣሎ። ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኣምላኽ ኑቲን ሰብ ምኻኑን ውን ሓደ ጌሮም ዝተዛረብዎ ኣሎ። ኣነ ካብዞም ቃላት እዚኣቶም ንመለኮት ዝግባእ ከምኡ ኸኣ ንትስብእት

ዘቂርሎስ ም. ፸፱	ዘቂርሎስ ም. 74
ወእማንቱ እም፪ቱ ህላዌያት ይከሥታሁ ለወልድ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ በፍጹም ተዋሕዶ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፡፵፱-፶፱።፩ዮሐ ፩፡፩።	ዝግባእ ከምዘሎ ነዚ እዛረብ ኣሎኹ። ብፍጹም ተዋሕዶ ኣምላኽ ሰብ ስለዝኾነ እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ወልድ ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ከምዝኾነ የረድኡ እዮም። ዮሓ 1፡1-14። 8፡49-59። 1ይ ዮሓ 1፡5።
፴፰ ወይእዜኒ ኢትፍልጡ ማእከለ ቃላት እንተ ተብህለ በእንተ እግዚእ ዘይደሉ ለመለኮት ወለትስብእት ይትበሀል ጎቡረ በተዋሕዶ ወባሕቱ አእምሩ ዘንተ በጥይቅና ከመ እማንቱ ይደልዋሁ ፈድፋደ ለ፩ዱ ባሕቲቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘውእቱ እግዚአ ብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ ወኢይፈልጣሁ ለዝንቱ ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ጎበ ፪ቱ። ፩ቆሮ ፰፡፮።	38 ሕጂ ውን ሓደ ብምኻኑ፥ ንመለኮትን ንትስብእትን ብሓድነት ክንገር ዝግብኦ ብዛዕባ ጐይታ ዝተነግረ ቃል ኣይትኸፋፍሉ። ግና እዞም ቃላት እዚኣቶም ንሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ማለት ንሰብ ዝኾነ ነዚ ቃል እግዚኣብሔር ጥራይ ፈጺምካ ዝንገሩ ከምዝኾኑ ነዚ ብጥንቃቐ ፍለጡ። ነዚ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ክልተ ኣይክፍልዎን እዮም። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፴፱ ወይደልወነ ንበል እሎንተ ቃላተ ከመዝ ዘይደሉ ለመለኮት ንብሎ በእንተ እግዚአብሔር ወዘይደሉ ለትስብእት ንብሎ በእንተ ትስብእት ወእፎመ ይትዐወቅ ዝንቱ ለኵሉ እንዘ እማንቱ ይከሥታ ነገረ በከመ ይቤላ እስመ እግዚአብሔር ቃል ተወልደ እምእግዚአብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወበደኃሪ መዋዕል ተወልደ እምድንግል ንጽሕት በሥጋ።ገላ ፬፡፬። ሮሜ ፩፡፫።	39 ነዞም ቃላት እዚኣቶም ከምዚ ክንብል ይግባእ። ንመለኮት ዝግባእ ንእግዚኣብሔር ንዛረብ ኣሎና። ንትስብእት ዝግባእ ከኣ ሰብ ብዛዕባ ምኻኑ ንዛረብ ኣሎና። መጻሕፍቲ፡ 'እግዚኣብሔር ቃል ዓለም ከይተፈጥረ ካብ እግዚኣብሔር አብ ተወልደ ብደኃራይ ዘመን ከኣ ካብ ንጽሕት ድንግል ተወልደ' ክብሉ እናኣረድኡ ከለዉ፡ እዚ ንኾሉ ስለ ምንታይ ኣይፍለጥን፡ ገላ 4፡4። ሮሜ 1፡3።
፵ ወዓዲ አበጽሕ ካልአ ነገረ በእንተ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ዘእንበለ ፍልጠት ነአምን በድንግል ንጽሕት ከመ ይእቲ ወላዲተ እግዚአብሔር በሥጋ ወንትአመን ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ዘበጽድቅ ወኢንቤ ከመ ቃለ እግዚአብሔር ተመይጠ ጎበ ሥጋ ወኢሥጋ ተመይጠ ጎበ ህላዌ መለኮት እስመ ቃለ እግዚአብሔር ኢይትመየጥ ወኢይትዌለጥ።	40 ዳግማይ ከኣ ብዛዕባ እቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ብዘይ ምፍላይ ካልእ ነገር ክዛረብ እየ። ንጽሕት ድንግል ንቃል እግዚኣብሔር ብሥጋ ከም ዝወለደት ንኣምን። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ብሓቂ ሓደ ከምዝኾነ ንኣመን። እግዚኣብሔር ቃል ናብ ሥጋ ምኻን፡ ሥጋ ውን ናብ መለኮት ምኻን ተለወጠ ኣይንብልን። ምክንያቱ እግዚኣብሔር ቃል ኣይናወጽን ኣይልወጥን እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፷፬	ዘቂርሎስ ም. 74
፵፭ ወዝንቱ ነገር ዘተናገርኩ ኢይትረከብ ግሙራ አንሰ ኢያሰለኩ ፍልጠተ ቃላት እንተ ተነግራ በእንተ ክርስቶስ አላ አአምሮ ለእግዚእ ይትነገር ቦቱ ዘከመ መለኮቱ ወዘከመ ትስብእቱ ጎቡረ እስመ ለሊሁ አምላክ ወለሊሁ ሰብእ ።	41 እዚ ዝበልክዎ ነገር ውን ፈጺሙ ኣይምርመርን እዩ። ኣነ ብዛዕባ ክርስቶስ ዝተነግሩ ናይ ቃላት ዝተፈላለየ ኣበሃህላ ኣይነቐፍኩን። ኣነ ንጉይታ እፈልጦ እየ። ኣምላኽ ከም ምኻኑን ሰብ ከም ምኻኑን ይንገረሉ። ከመይ ንሱ ባዕሉ ኣምላኽን ንሱ ባዕሉ ሰብ እዩ።
ክፍል ፷፫	**ክፍሊ 23**
፵፮ እምነ መልእክት ዘእምጎበ ዝንቱ መምህር ጎበ ንስጥሮስ ኢኮነ ዝንቱ ፩ዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ፪ተ ወለእመኒ ይትዐወቅ እም፪ቱ በኢቱሳሔ አብአ ተዋሕዶተ ህላዌ እንበለ ፍልጠት በአምጣነ ይትዐወቅ ሰብእ ከመ ውእቱ እምነ ሥጋ ወነፍስ አኮ ውእቱ ፪ቱ አላ ፩ዱ እም፪ቱ።	42 ካብዚ መምህር ናብ ንስጥሮስ ካብ ዝተላእከ መልእኽቲ ኣምጺእና ንዛረብ ኣሎና። እዚ ሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ኣይኮነን። ዋላ እኳ ካብ ክልተ ባህርያት ዝተረኽበ ከምዝኾነ እንተ ተፈልጠ፣ ብዘይ ምትሕውዋስ ምፍልላይ ዘይብሉ ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ገንዘብ ገበረ። ሰብ ካብ ነፍስን ካብ ሥጋን ምኻኑ ከምዝፍለጥ፣ ንሱ ካብ ክልተ ሓደ እዩምበር ክልተ ኣይብሃልን እዩ።
ክፍል ፷፬	**ክፍሊ 24**
፵፯ እምነ ዝንቱ መምህር ጎበ ሰብእ ምሥራቅ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ምስለ አብ በመለኮቱ ወ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ምስሌነ በትስብእቱ ወተዋሕዶቱሂ እም፪ቱ ወበእንተ ዝንቱ ፩ዱ እግዚእ ውእቱ ዘነአምን ቦቱ ወ፩ዱ ክርስቶስ ዘከመ እምነተ ተዋሕዶ በኢቱሳሔ ወንአምን በድንግል ንጽሕት ከመ ይእቲ ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል ወኮነ ሰብእ ወረሰዮ ለሥጋ ዘነሥአ እምኔሃ ፩ደ ምስሌሁ እምአመ ጊዜ ተፀንሰ ቦቱ።	43 ካብዚ መምህር'ዚ ናብቶም ሰብ ምብራቕ ዝተላእከ መልእኽቲ እዚ እዩ። ብመለኮት ምስ **አብ** ሓደ ባህርይ እዩ። ሰብ ብምኻኑ ምሳና ሓደ ባህርይ እዩ። ሓደ ምኻኑ ድማ ካብ ክልተ እዩ። ስለዚ ኸኣ እንኣምኖ ናይ ባህርይ ገዛኢ ሓደ እዩ። ብዘይምትሕውዋስ ከምዝእመን ከም እምነት ተዋሕዶ፣ ክርስቶስ ሓደ እዩ። ንጽሕት ድንግል ውን ነቲ ሰብ ዝኾነ፣ ካብቲ ዝተፀነሰሉ ጊዜ ጀሚሩ ምስቲ ካብኣ ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝገበሮ ንእግዚኣብሔር ቃል ከምዝወለደት ንኣምን ኢና።
ክፍል ፷፭	**ክፍሊ 25**
፵፰ እምሥጢረ ሃይማኖት ዘዝንቱ ሊቅ በካልእ ዓመት እምዕዋድ በከመ እቤ ቅድመ ህላዌሁ ለሰብእ ኮነ ለሞት ወለሙስና በዓሊዎቱ ለአዳም።	44 እዚ ሊቅ ቅዱስ ቄርሎስ ካብ ዝሸየም ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ብዛዕባ ምሥጢረ ሃይማኖት ካብ ዝጸሓፎ ነምጽእ። ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ ብምኽንያት ናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ፣ ናይ ሰብ ባህርይ ንሞትን ጥፍኣትን ተዋሂቡ ነበረ።
፵፱ ወፈቀደ ፈጣሪ ይፍጥሮ ዳግመ ዘከመ ህልዎቱ ቅድመ ወይከሥቶ በኢሙስና ወኢርስሐት በአይ አምሳል ይደሉ	45 ከምቲ ናይ ቅድም ናብራኡ፣ ፈጣሪ ዳግማይ ንኸድጎኖ ፈተወ። ብዘይ ምጥፋእ ብዘይ ምልዋጥ ውን ክገልጾ ፈተወ።

ዘቂርሎስ ም. ፹፱	ዘቂርሎስ ም. 74
ይኩን ዝንቱ በእንተ ቃል ማሕየዊ ኮሉ ዘኮነ ሰብአ ከመ ያጽንዖ ለሰብእ። መዝ ፻፬(፻፫)፡፴። ፪ቆሮ ፭፡፲፯።	እዚ ብምንታይ ሥራሕ ክኸውን ይኽእል፡ እዚስ ቡቲ ንሰብ ኸጽንዕ ሰብ ዝኾነ፡ ንኮሉ ዘድጎን ቃል እዩ። መዝ 104(103)፡30። 2ይ ቆሮ 5፡17።
፹፮ ነጽር እንከ በልቡና እስመ ኃይለ ምሥጢር ኮለንታሁ ለዝንቱ እስመ ውእቱ ኮነ ሰብአ እንዘ ሕይወት ወማሕየዊ ውእቱ ከመ በኃይል ዘኢይትነገር ያርኢ ሥጋሁ መዋዒ ሞት ወሙስና ውእቱ። ዘፍ ፫፡፳፪። ዮሐ ፩፡፲፬።	46 ከምዚ ካብ ዝኸውን ናይዝ ናይ ተዋሕዶ ኮለንትና ረቂቕ ምሥጢር ከምዝኾነ ብልቦና ፍለጥ። ሕይወት ማሕየዊ እንከሎ ንሱ ሰብ ከይኑ እዩሞ ብዘይምርመር ሥልጣን፡ እቲ ሥጋኡ ሞትን ምልዋጥን ዝስዕር ከምዝኾነ ንክገልጽ እዩ። ዘፍ. 3፡22። ዮሓ 1፡14።
፹፯ ወኢንበል በአይ አምሳል ወበአይ አርአያ ዘከመ ሐዊን አመ ይትወደይ ውስተ እሳት ይገድፍ እሳት ላህበ ዚአሁ ወግብሮ ውስቴቱ ወበእንተዝ ይፈስዮ እሳተ ወይሁበ ኃይለ እሳት።	47 ብምንታይ ሥራሕ ብምንታይ ነገር ኣይንበል። ከም ሓዊን እዩ። ሓዊን ኣብ ሓዊ ምስ ኣተወ፡ ሓዊ ኑቲ ሙቐትን ብርሃንን የዋሕዶ። እዚ ብምውሕሓድ ድማ ሓዊ ይገብሮን ናይ ሓዊ ኃይሊ ይህቦን።
፹፰ እመሰ ዝንቱ እሳት ዘኢይትገሠሥ ይገድፍ ኃይሎ በሐዊን ወበዘይመስሎ በአይ አምሳል ይደክም ቃለ እግዚአብሔር ዘያሐዩ ኮሎ ከመ ኢያስተርኢ ሥጋሁ ዘይትዋሐድ ቡቱ ከመ ውእቱ ማሕየዊ ወባላሒ። ፩ቆሮ ፩፡፳፭።	48 እዚ ዘይድጎሠሥ ሓዊ ኑቲ ውዕየቱን ብርሃኑን፡ ኣብ ሓዊንን ኸኮሉ ዝመስሎን ዘዋሕድ ካብ ኮነ፣ እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ብነፍስን ሥጋን ዘድጎን ከምዝኾነ ንክይፍለጥ፡ እቲ ንኮሉ ዘድጎን እግዚኣብሔር ቃል ከመይ ኢሉ ደኸመ ይበሃል፡ 1ይ ቆሮ 1፡25።
ክፍል ፹፯	**ክፍሊ 26**
፹፱ ወካዕበ ይቤ ውስተ መልእክቱ ዘጸሐፈ ኀበ ንስጥሮስ ነአምን በኮሉ ዘተብህለ በእንተ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ከመ ውእቱ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ።	49 ከምኡ ውን ናብ ንስጥሮስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ከምዚ በለ፡ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ስለዝኾነ፡ ኮሉ ኑቲ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ዝተነግረ ንኣምን ኢና።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፎ፭	ዘቂርሎስ ም. 75
ምዕራፍ ፎ፭ ክፍል ፭፯	**ምዕራፍ 75 ክፍሊ 27**
፩ ዘቅዱስ ቂርሎስ እምነ መዝገብ ይቤሎሙ መድኃኒነ ለአርዳኢሁ አልዓ ዛር ዐርክነ ሞተ እንዘ ኢያበጽሕ ሎቱ መኑሂ ዜና ሞቱ ይቤ ዘንተ ዘከመ መለኮት እስመ ውእቱ የአምር ኵሎ።	1 ቅዱስ ቄርሎስ ካብ ዝጸሓፎ መዝገብ ካብ ዝበሃል መጽሓፉ ኣምጺእና ንዛረብ ኣሎና። ዜና ሞቱ ማንም ከየምጽኣሉ፡ መድኃኒና ንደቀ መዛሙርቱ ‘ፈታዊና ኣልዓዛር ሞተ’ በሎም። ኣምላኽ ብምኻኑ ነዚ ተዛረበ፡ ከመይ ንሱ ኵሉ ይፈልጥ እዩ።
፪ ወእምድኅረዝ ሶበ ጐንደየ እንዘ ያንሶሱ ምስለ አርዳኢሁ ወሶበ ቀርበ ኀበ ዘዘከርናሁ ቅድመ ተሥእሎሙ እንዘ ይብል አይቴ ቀበርክምዎ ወዘየአምር ሞቶ እፎኑ ኢየአምር ኀበ ተቀብረ ወኀበ ዘሀሎ ሥጋሁ ውስቴቱ ለሊሁሰ የአምር ወአኮ ግብር ሠናይ ይትበሀል የአምር ዘንተ ወኢየአምር ዝክተ ። ዮሐ ፲፩፡፲፩-፴፬።	2 ብድኅር'ዚ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ክምህር ቁሩብ ምስ ደንጐየ፡ ናብቲ ቅድም ዝጠቐስናዮ ቦታ ምስ በጽሐ፡ ‘ኣበይ ቀቢርኩምዎ፡’ ኢሉ ሓተቶም። ነቲ ሞቱ ዝፈልጥ ከመይ ነቲ ዝተቐብረሉን ሥጋኡ ዘለዎን ቦታ ኣይፈልጥን፡ ንሱስ ነዚ ይፈልጥ፡ ነቲ ግና ኣይፈልጥን ምባል ጽቡቕ ኣይኮነን። ዮሓ 11፡11-34።
፫ በከመ ይቤ ቅድመ አይቴ ሀሎከ አዳም ከማሁ ይእዜኒ ይቤ አይቴ ቀበርክምዎ አኮ ኢያእሚሮ ወንሕነኒ ኢንብል ከመ ውእቱ ኢየአምር ከማሁ ዓዲ በዘከመዝ አምሳል ይቤ በእንተ ይእቲ ሰዓት ከመ ለሊሁ ኢየአምራ ወውእቱሰ ገብረ ዘንተ በሥርዓት ዘቦቱ በቀኄት ሠናይ እንዘ ለሊሁ የአምር ኵሎ። ዘፍ ፫፡፱። ማቴ ፳፬፡፴፮። ግብ ሐዋ ፬፡፳፰። ኤፌ ፫፡፱።	3 ቀደም ‘ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ፡’ ከምዝበለ ሎሚ ውን ከምኡ ኣበይ ቀቢርኩምዎ፡ በለ። ዘይፈልጥ ኮይኑ ኣይኮነን። ንሕና ውን ንሱ ኣይፈልጥን'ዩ ኣይንብልን። 'ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ፡ ንኣልዓዛር ኣበይ ቀቢርኩምዎ፡' ከምዝበለ፡ በዚ መንጽር ነታ ሰዓት እቲኣ ከምዘይፈልጣ ኮይኑ ተዛረበ። ንሱስ ንኵሉ ዝፈልጥ ከሎ፡ ቦቲ ንሰብ ጽቡቕ ጥቕሚ ዘለዎ ሥርዓት (ሰብ ብምኻን) ነዚ ተዛረበ። ዘፍ 3፡9። ማቴ 24፡36። ግብ ሐዋ 4፡28። ኤፌ 3፡9።
፬ ወካዕበ ይቤ መነ ይብል ሰብእ በእንተ ወልደ እጓለ እመሕያው አምሲሎ ከመ ውእቱ ኢየአምር እንዘ ለሊሁ የአምር ዘሀለዎሙ ያውሥእዎ አርዳኢሁ አቅደመ ወአእመረ እምኔሆሙ በስኢል ከመ ሶበ ይትበሀል ዘይቤልዎ እሙንቱ ይጸንዕ በዝንቱ ሃይማኖቶሙ። ማቴ ፲፮፡፲፫-፲፯።	4 ከምኡ ውን ነቲ ደቀ መዛሙርቱ ኽመልሱሉ ዘለዎም እናፈለጠ፡ ዘይፈልጥ መሲሉ ‘ንኣይ ንወልደ እጓለ እመሕያው ሰብ መን ይብለኒ፡’ በለ። ንሳቶም ዝመለሱሉ ምስ ተናገረ፡ ሃይማኖቶም በዚ ምእንቲ ክጸንዕ ኣቐዲሙ ንኣታቶም ሓቲቱ ተረድኣ። ማቴ 16፡13-17።
ክፍል ፭፰	**ክፍሊ 28**
፭ ወሕቀ ተአቲቶ እምድኅረዝ ይቤ እመሰ ጳውሎስ የአምን እንዘ ይብል እስመ ኵሎሙ ድኑናን ወምቱራነ ክሣድ በኀቤሁ ወግብሩ ክሡት እስመ	5 ካብዚ ዓንቀጽ'ዚ ንደኃር ቁሩብ ጎልፍ ኢሉ ከምዚ በለ፡ ኵሎም ከምዝሰገድሉን ከምዝተዋረዱሉን ጳውሎስ ዝኣምን ካብ ኮነ፡ ብዛዕባ ወልድ ተዛሪቡ እዩ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፭	ዘቂርሎስ ም. 75
በእንተ ወልድ ይቤ ከመ ውእቱ ይከብር እምኵሉሙ ምግባራት ወእፎመ ኢየአምራ ለእንታክቲ ሰዓት ዘሕፀጽ ወምቱረ ክሣድ ኵሉ በጎቤሁ ወግብሩክሡት ከመ ውእቱ ይከብር እምኵሉሙ ምግባራት። ዕብ ፬፡፲፪-፲፬። ራእ ዮሐ ፩፡፲፯።	እሞ ንሱ ካብ ኵሉ ፍጥረት ዝበልጽ ከምዝኾነ ነገሩ ግሉጽ እዩ። ኵሉ ዝሰግደሉን ዝዋረደሉን ንሱ ነታ ሰዓት እቲኣ ከመይ ኢሉ ኣይፈልጣን ይበሃል። እምበኣር ንሱ ካብ ኵሉ ፍጥረት ዝበልጽ ከምዝኾነ ነገሩ ፍሉጥን ርዱእን እዩ። ዕብ 4፡12-14። ራእ ዮሓ 1፡17 ።
ክፍል ፭፱	**ክፍሊ 29**
፮ ወዓዲ እምኀበ ቅዱስ ቂርሎስ ኀበ አውሉግስ ካህን አላ እሙንቱ ይትአመኑ በተዋሕዶ ወኢፈለጡ አበዊነ ተዋሕዶተ ዳእሙ ይቤሉ ውእቱ ፩ዱ ወልድ ባሕቲቱ ወ፩ዱ ህላዌ ቃል ዘኮነ ሥጋ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	6 ከምኡ ውን ካብ ቅዱስ ቂርሎስ ናብ ኣውሉግስ ዝበሃል ካህን ካብ ዝተላእከ መልእኽቲ ኣምጺእና ንዛረብ፥ ንሳቶም ምውሕሓዱ ይኣምኑ ነይሮም፣ ኣቦታትና ኑቲ ተዋሕዶ ኣይፈላለዩን፣ እኳ ደኣ ሓደ ወልድ ጥራይ እዩ ሥጋ ዝኾነ፣ ባህርየ ቃል ሓደ ጥራይ እዩ በሉ።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 30**
፯ ወዓዲ ይቤ በእንተ ክርስቶስ ከመ ፩ዱ ውእቱ ዓቢይ ርስዓት ወሙስና ውእቱ ሶበ ንፈልጦ ለ፩ዱ ኢየሱስ ክርስቶስ። ፩ጢሞ ፪፡፭።	7 ከምኡ ውን ብዛዕባ ክርስቶስ ሓደ ከምዝኾነ ተዛረበ። ንሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንከፍሎ እንተ ተረኽብና ፍጹም ክሕደት እዩ። 1ይ ጢሞ 2፡5።
ክፍል ፸፩	**ክፍሊ 31**
፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቂርሎስ ነአምን በኵሉ መካን ከመ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወ፩ዱ እግዚእ አማኑኤል ዘእምድንግል ንጽሕት ወላዲተ አምላክ ወይትዌከፍ ኵሎ ጊዜ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ወለሰብእ ወነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘበአማን ወለድንግልሂ ንጽሕት ወላዲተ አምላክ ንሰምያ እመ እግዚአብሔር።ኢሳ ፯፡፲፬።ማቴ ፩፡፳፫።	8 ደጊሙ ውን እዚ ቅዱስ ቂርሎስ ከምዚ በለ፥ እዚ ካብ ንጽሕት ድንግል ዝተወልደ ኣማኑኤል ሓደ ገዛኢ (ጐይታ) ሓደ ወልድ ከምዝኾነ፣ ኣብ ኵሉ ዓንቀጽ ብዝተነግረ ንኣምን። ኵሉ ሳዕ ነቲ ንእግዚኣብሔርን ንሰብን ዝግባእ ይቕበል እዩ። ብሓቂ ንሱ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ንኣምኖ ኢና። ንወላዲት ኣምላኽ ንጽሕት ድንግል ውን ኣደ እግዚኣብሔር እያ ንብላ። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡24።
፱ ወበእንተ ዝንቱ ይትበሀል ከመ ውእቱ ተሰቅለ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ ወዐርገ ሰማያተ ወዓዲ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ዘከመ ትምህርተ አጋዝዕቲነ ሐዋርያት ወአበዊነ ንጹሓነ እለ ተጋብኡ በኒቅያ። መዝ ፻፮(፻፭)፡፲። ፩ቆሮ ፲፭፡፬። ግብ ሐዋ ፩፡፱-፲፩።	9 በዚ ድማ ‹ተሰቐለ፣ ሞተ፣ ተንሥኣ፣ ናብ ሰማይ ዓረገ፣ ዳግማይ ድማ ንሕያዋን ምዉታንን ኪፈርድ ኪመጽእ እዩ› ተባሂሉ ይንገር። ከምቲ ትምህርቲ ናይ ጐይቶትና ሓዋርያትን ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ 318 ንጹሓን ኣቦታትን እዩ። መዝ 16(15)፡10። 1ይ ቆሮ 15፡4። ግብ ሓዋ 1፡9-11።

ዘቂርሎስ ም. ፷፭	ዘቂርሎስ ም. 75
ክፍል ፴፪	**ክፍል 32**
፲ ወካዕበ ይቤ እምዘይቤ ጢሞቴዎስ በእንቲአሁ መኑ ዘተሀበለ ወይቤ ግሙራ እምአበዊነ እምቅድመ ይሠጎ እግዚአብሔር ቃል በትስብእት ዘፈጠሮ ሎቱ ከመ ሀለወ ቅድመ ወህላዌ ዚአሁ ውእቱ ለእግዚአብሔር ቃል እፎኑ ይከውን ዝንቱ።	10 ደጊሙ ውን ጢሞቴዎስ ብዛዕባኡ ካብ ዝበሎ ኣምጺኡ ተዛረበ። እግዚኣብሔር ቃል ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ቡቲ ክዋሓዶ ዝፈጠሮ ትስብእት ኣቐዲሙ ከምዝነበረ፡ ሥጋ ውን ብባህርየ እግዚኣብሔር ቃል ኮይኑ ከምዝነበረ ካብ ኣቦታትና ደፊሩ ዝተዛረበ መን እዩ፡ ሥጋ ብቐድምና ነበረ ምባል እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን፡
፲፩ እግዚአብሔርሰ ቃል ህልው ውእቱ እምቅድመ ዓለም ወለትስብእቱ ዘተሠገወ ቦቱ ፈጠሮ እምትዝምደ እጓለ እመሕያው ወቦኑ ፩ዱ እምኔሆሙ ዘሐለየ ፪ተ ህላዌያተ ለክርስቶስ እምድኅረ ተዋሕዶ አው ቦ ዘይቤ ተፈጥረ እምኀበ እግዚአብሔር ሕፃነ ፍጹመ ውስተ ከርሥ ዘእም ድንግል ወእምዝ ተእኅዘ እግዚአብሔር ቃል ይእተ ጊዜ በዝንቱ ዘውእቱ እማርያም አው ቦኑ ይደሉ ይትበሀል በእንተ ዋሕድ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።	11 እግዚኣብሔር ቃልሲ ዓለም ከይተፈጥረ ኣቐዲሙ ዝነበረ እዩ። ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ካብ ባህርየ ሰብ ፈጠሮ። ድኅሪ ተዋሕዶ ንክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ኢሉ ዝተዛረበ ካብኣቶም ሓደ ሰብ እኳ ኣሎዶ፡ ወይ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ኣብ ማኅፀን ድንግል ፍጹም ሕፃን ተፈጥረ፡ ብድኅር'ዚ ካብ ድንግል ማርያም ብዝተረኽበ ኣብዚ ሕፃን እግዚኣብሔር ቃል ኃደሮ ኢሉ ዝተዛረበ ኣሎ ዶ እዩ፡ ወይሲ ድኅሪ ተዋሕዶ ንሓደ ክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ተባሂሉ ክንገር ብሓቂ ይግባእዶ እዩ፡ ዮሓ 1፡1-18።
፲፪ ወለምንትኑ እንከ ይፈቅዱ ያሥርፁ ዓመፃሆሙ ከመ አዝርዕት ወያበጽሑ ኀበ ውስጥ ዘኢተአመኖ መኑሂ እምአበዊነ ከመ ያሥግሩ ብዙኃነ የዋሃነ። ሮሜ ፲፮፡፲፰። ቈላ ፪፡፬-፰።	12 ከምዚ ካብ ኮነ፡ ነቲ ክሕደቶም ከም ኣዝርእቲ ኽኸልምዉን ማንም ካብ ኣቦታትና ዘይኣመነሉ ሃይማኖት ኣብ ልቢ ሰብ ኽኸኅድሩን ከምኡ ውን ነቶም ዘይተማህሩ ብዙኃት ሰባት ንክኽሕዱ ከመይ ኢሎም ይፈትዉ ኣለዉ፡ ሮሜ 16፡18። ቈላ 2፡4-8።
፲፫ ወኢተአመነ መኑሂ ዘንተ ወብዙኃ ጊዜያተ ተብህለ እምአበዊነ ቅዱሳን እስመ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ ህላዌያት ወአኮ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ እምዘዚአነ ዘሀሎ እምትካት ምስለ ሥጋ አላ ነሥአ ሥጋ እምህላዌ እጓለ እመሕያው ወ፩ዱ ውእቱ ከመ ምስለ ሥጋ ዚአሁ ወከመዝ ተአመኑ እሙንቱ ምስሌነ ከመ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ቃል ዘተሠገወ።	13 ነዚ ሓደ እኳ ዝተናገረ የልቦን። ክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ኣቦታትና ብዙኅ ጊዜ ነጊሮም እዮም። ካብ ባህሪና ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል፡ ምስ ሥጋና ብቅድምና ዝነበረ ኣይኮነን። ካብ ባህርይ ሰብ ሥጋ ወሰደ ደኣ እምበር። ምስቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ፈጺሙ ሓደ እዩ። ምስ ሥጋ ዝተወሓደ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንሳቶም ውን ምሳና ኣመኑ።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፭	ዘቂርሎስ ም. 75
፲፬ ወለእመሂ ኮነ ዘከመ ዘከርኩ ቅድመ ከመ ሕፃን ንኡስ ነሥአ አካለ እምከርሠ ድንግል ዘእንበለ ትፅንሶ ለእግዚአብሔር ቃል ለይበሉ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ህላዌ ሰብእ በለፌ ዘእንበለ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል ወለሊሁ ንቡር እምኔሁ በለፌ ወቦቱ ህላዌ ሰብእ ወዝንቱ ሕሡም ወዓመፃ ዓቢይ ከመ ይትበሀል ፪ቱ ህላዌያት ለ፩ዱ ክርስቶስ።፩ቆሮ ፲፪፡፫።	14 ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ንእግዚኣብሔር ቃል ከይፀነሰቶ፡ ሕፃን ተፈጢሩ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኣካል ዝወሰደ እንተ ኾይኑ፡ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ተሪፉ፡ ናይ ሰብ ባህርይ ንበይኑ ከምዝኾነ፡ ቃል ውን ካብ ሥጋ ንበይኑ ዝተፈልየ ከምዝኾነ፡ ናይ ሰብ ባህርይ ውን ከምዝነበሮ ብዛዕባኡ ይዛረቡ። ንሓደ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ ተባሂሉ ኽንገር፡ እዚ ዝጐድእ ዓቢይ ክሕደት እዩ። 1ይ ቆሮ 12፡3።
፲፭ ወአበዊነሂ ቅዱሳን ኢመሀሩነ ንእመን በክርስቶስ ዋሕድ ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት ወባሕቱ ለሊክሙ ትፈልጥዎ እንዘ ትብሉ ከመ እሙንቱ ይቤሉ እስመ ለክርስቶስ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት እምቅድመ ይትዋሐድ ወእምድኅረ ተዋሕዶ ገብሩ ተዋሕዶተ ወእሙንቱሰ መሀሩ በኵሉ ጊዜ ወአጠየቁ ከመ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ። ገላ ፩፡፮-፲።	15 ቅዱሳን ኣቦታትና ውን ንሓደ ክርስቶስ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኢልና ክንኣምን ኣይመሃሩናን። ‹ንሳቶምሲ ቅድሚ ተዋሕዶ ንክርስቶስ ክልተ ባህርያት ነበርዎ፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ግና ሓደ ኮኑ ኢሎም› እናበልኩም ባዕልኹም ትኸፍልዎ ኣሎኹም ደኣ እምበር። ንሳቶምሲ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ በብጊዜኡ ኣረዲኦምን ምሂሮምን እዮም ። ገላ 1፡8-10።
፲፮ ወእመ አኮ በአይ አምሳል ፈጠረ ሎቱ ለባሕቲቱ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ወዓዲ ለሊሁ አምላክ ለዝሉፉ እንበለ ውላጤ ህልዎቱ ዘኢተብህለ እምኀበ መኑሂ እምአበዊነ ቅዱሳን ቅድመ ወኢተእኅዙ ቦቱ ይእዜ ሶበ ፈቀዱ እሙንቱ ይግበሩ ዓመፃሆሙ ሰበኩ ይትወከፉ ፪ቱ ህላዌያት ከመ ይቅልል ለሰማዕያን ከመ ይትወከፍዎ። ፩ጢሞ ፩፡፪-፰። ፪ጢሞ ፬፡፫።	16 ሰብ ከይኮነ ኸኣ እሞ፡ እትዛረብ ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ ንክዋሓድ ስለምንታይ ፈጠረ፡ ብዘይምልዋጥ ሰብ ኮነ። ከምኡ ውን ቀደም ከምዝነበረ ንሱ ዘይልወጥ ዘለዓለም ኣምላኽ እዩ። ቅድም ካብ ቅዱሳን ኣቦታትና ካብ ማንም ዘይተነግረን ጸኒያም ዘይነበሩሉን፡ ንሳቶም ሎሚ ክሕደቶም ንክዝርግሑ ኣብ ዝፈተውሉ ጊዜ፡ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ኸኽእምኑ መሃሩ። እዚ ከኣ ነቶም ዝሰምዑ ሰባት ንክቕበልዎ ከም ዝቐልል እዩ። 1ይ ጢሞ 1፡2-8። 2ይ ጢሞ 4፡3።
፲፯ እመሰ ይብሉ ከመ እሙንቱ ኢይቤሉ ዘንተ በእንተ አበዊነ ቅዱሳን አላ እስመ ነገር ህልው ኀቤሆሙ በእንተ ካልአን ይፈቅዱ በምክንያተ ዓመፃሆሙ ለእልክቱ ይዝርኡ ዓመፃ ፪ቱ ህላዌያት ወከመዝ ዓዲ እስመ እሙንቱ ይትቃዐብዎሙ በዓመፃ ፈቀዱ ያወግዙ ካልኣ። ፊልጵ ፩፡፲፯። ፫፡፲፰-፳።	17 ናይ መናፍቓን ደቀ መዛሙርት ስለዝኾኑ፡ ነገር ውን ኣብ ልቦም ስለዘሎ እዩ ደኣ እምበር፡ እቶም ቅዱሳን ኣቦታትና ነዚ ከምዘይበሉ፡ እኳ እንተ ተዛረቡ ብሰንኪ ትምህርቲ ናይቶም መናፍቓን ክልተ ባህርያት ዝብል ኽሕደት ንከስፋሕፍሑ ይደልዩ። ከምኡ ውን ንሳቶም ይሣለቕሎም ስለዝኾኑ ኣብ ክሕደት ከለዉ ንካልእ ከውግዙ ይደልዩ። ፊልጵ 1፡17። 3፡18-20።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፭	ዘቂርሎስ ም. 75
ክፍል ፴፫	**ክፍሊ 33**
፲፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ በውስተ ኃምስ ድርሳኑ ዘይቤ ጳውሎስ በውስተ መልእክቱ ቀዳማይ ለሰብአ ቆሮንቶስ።	18 ከምኡ ውን ነቲ ጳውሎስ ኣብ ቀዳማይ መልእኽቱ ንሰብ ቆሮንቶስ ዝጸሓፎ፡ እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ኣብ ዝተርጎመሉ ኃሙሻይ ድርሳኑ ከምዚ በለ።
፲፱ ኢመፍትው ይትበህል በእንቲኣሁ ዝየ ከመ ኢሞተ አላ ተገንዘረ ከመ ያጽድቅ ግብሮ ሠናየ ወከመ ያጠይቅ ሞቶ እሙነ አማኑኤል ተወድየ ውስተ መቃብር ወሐይወ ዳግመ።ኢሳ ፶፫፡፱። ዮሐ ፲፱፡፵-፵፪። ፩ቆሮ ፲፭፡፫-፬።	19 ኣማኑኤል ብሥጋ ከምዘይሞተ ምዝራብ ኣገባብ ኣይኮነን። ሰብ ምኻኑን ሙማቱን ንከረድእ ተገንዘ። ኣብ መቓብር ውን ተቐብረ፡ ዳግማይ ድማ ተንሥኣ። ኢሳ 53፡9። ዮሓ 19፡40-42። 1ይ ቆሮ 15፡3-4።
፳ ወበከመ እቤ ይእዜ እስመ ሶበ ሞተ በሥጋ ያሠምር አልባቢነ ከመ ውእቱ ኮነ ሥጋ እንዘ አምላክ ውእቱ ቃል ወሶበሂ ኬዶ ለሞት አጠየቀ ርቱዐ ከመ ውእቱ አምላክ በህላዌሁ ወበከመ ግብረ ሥጋ ሐመ ወሞተ ወከማሁ ዘከመ ግብረ መለኮት ሞየ ለሞት። ፩ ቆሮ ፲፭፡፶፬። ሆሴ ፲፫፡፲፬	20 ሎሚ ከምዝበልክዎ፡ ብሥጋ ምስ ሞተ ቃል ኣምላኽ እንከሎ ሰብ ከምዝኾነ፡ ንልብና ኣረድኣ። ንሞት ምስ ሰዓሮ ብባህሪኡ ኣምላኽ ከምዝኾነ ብሓቂ ኣረድኣ። ከምቲ ንሥጋ ዝግባእ ከም ዝሓመመን ከምዝሞተን፡ ከምኡ ድማ ንመለኮት ከምዝግባእ ንሞት ሰዓሮ። 1ይ ቆሮ 15፡54። ሆሴ 13፡14።
ክፍል ፴፬	**ክፍሊ 34**
፳፩ እምነገረ ብፁዕ ወቅዱስ ቄርሎስ በእንተ ትሥጉቱ ለቃል ይቤ ከመዝ እስመ ምሥጢረ ኂሩት ዕሙቅ ወዓቢይ ውእቱ ወይደሉ ናንክር እምኔሁ ጥዩቀ ወውእቱ ፍትው ፈድፋደ ወይትሌዐል እመላእክት። ዕብ ፩፡፫።	21 ቃል ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ፡ ብፁዕን ቅዱስን ቄርሎስ ካብ ዝበሎ ኣምጺእና ንዛረብ፡ ለውሃቱ ንምግላጽ ዝገበሮ ተዋሕዶ ረቂቕን ዓሚቕን ከምዝኾነ ተዛረበ። ካብኡ ዝተላዕለ ፈጺምና ከነድንቕ ይግባእ። ኣዝዩ ዘብህግ እዩ። መላእኽቲ ውን መር ሚሮም ኣይበጽሕዎን እዮም።ዕብ 1፡3።
፳፪ ወይቤ ረድኡ ለመድኅን በገጸ መካን በእንተ እለ ተፈነዉ እምኀበ ነቢያት ቅዱሳን በእንተ መድኃኒነ ክርስቶስ እስመ ዝንቱ ዘከሠተ ለነ ይእዜ እምእለ ሰበኩ ለነ በመንፈስ ቅዱስ ዘተፈነወ እምሰማይ ዘያፈትዎሙ ለመላእክት ከመ የሐውጽዎ። ፩ጴጥ ፩፡፲፩-፲፪። ፪ጴጥ ፩፡፳፩።	22 ናይ ጐይታ ወዲ መዝሙር ጴጥሮስ ኣብ ዓንቀጸ መጽሓፉ፡ ብዛዕባ መድኃኒና ክርስቶስ ካብ ቅዱሳን ነቢያት ንዝተነግረ ከረድእ ከሎ፡ በቲ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሎም ዝመሃሩና ትምህርቲ፡- እቲ ካብ ሰማይ ዝመጸ ንመላእኽቲ ክርእይዎ ዘመንዮም ዝነበረ፡ ሎሚ ዝገለጸልና ንሱ ከምዝኾነ ተዛረበ። 1ይ ጴጥ 1፡11-12። 2ይ ጴጥ 1፡21።
፳፫ እንከሰ ዘርእዩ ኵሎሙ ምሥጢረ ዓቢየ ርቱዐ ወእእመርዎ በጊዜ ልደቱ ለመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ በሥጋ ይቤሉ በቃል ልዑል እንዘ የአኵቱ ብዙኃ በእንቲኣነ ስብሐት	23 እምበኣር ነቲ ረቂቕ ምሥጢሩ ብጋህዲ ዝረኣዩ ኵሎም ኣብ ጊዜ ልደቱ፡ ንመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሥጋ ርእዮም ስለቲ ንኣና ዝተገብረ ክብሪ፡ ናብ ኵሉ ብዝበጽሕ ቃል ብፍጹም ከመስግኑ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፩	ዘቂርሎስ ም. 75
ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ። ሉቃ ፪፥፲፫-፲፭።	ከለዉ፡- ሰብ ንዝኾነ ኣምላኽ ምስጋና ተገብኦ ንሰብ ውን ናጽነቱ ንክወሃቦ ዕርቂ ተጀመረ በሉ። ሉቃ 2፡13-15።
፷፬ እፎኑ ኢንመልእ ፍሥሐ እንዘ ንሬእዮ ለእግዚእነ መድኃኔ ዓለም ተወሊዶ እምድንግል ቅድስት ወእሙንቱሂ ዓዲ ያብዕሉ ሶበ ይሬእዩ ፩ደ ብእሴ ኃጥአ እንዘ ይኔስሕ በከመ ይቤ መድኃኒነ ኵሎሙ ቅዱሳን መንፈሳውያን ይሴብሑ። መዝ ፻፳፮ (፻፳፭)፡፪። ሉቃ ፲፭፡፲።	24 ከምዚ ካብ ኮነ፡ ነቲ ናይ ዓለም መድኃኒት ጐይታና ካብ ንጽሕት ድንግል ተወሊዱ ክንርእዮ ከሎና ክንደይ ደስ ኣይብለና፡ ከምኡ ውን መድኃኒና ክርስቶስ ከም ዝበሎ÷ ‹ቅዱሳን መንፈሳ ውያን መላእክት፡ ሓደ ኃጥእ ሰብ ክንሳሕ ምስ ርኣዩ ይሕጐሱ።› መዝ 126 (125)፡2። ሉቃ 15፡10።
፷፭ ወምንት ምክንያቱ ለዝ ግብር አው አይ አምሳል ትስብእቱ ለዋሕድ ወልደቱ በሥጋ ወሥፍሐተ ተዛውጠቱ ለነ ወአፍቅሮቱ እጓለ እመሕያው ዘኢይትዔረዮ ምንትኒ።ኤፌ ፩፡፲፮-፳። ፫፡፲፮-፲፱።	25 ምኽንያት ናይ'ዚ ምስጋና'ዚ እንታይ እዩ፡ ነገሩስ እንታይ እዩ፡ ናይ ወልድ ዋሕድ ሰብ ምኻኑ፡ ብሥጋ ምውላዱ፡ ምሳና ውን ምዝማዱ፡ ማንም ዝኾነ ዘይመዓራረዮ ንሱ ውን ሰብ ምፍታው እዩ። ኤፌ 1፡18-20። 3፡18-19።
፷፮ ወነቢይሂ ዓቢይ ኢሳይያስ ይብል ናሁ ተውሕጠ ሞት ዘተ'ነየለነ ወካዕበ ይቤ እስመ እግዚአብሔር አእተተ ኵሎ አንብዐ እምነ ኵሉ ገጻተ ሰብእ ወእፎ አእተተ እምነ ኵሉ ገጻተ ኵሎ አንብዐ ወእፎ አብጠላ ለእንታክቲ መርገም ዘትካት እንተ ከሠታ ወአብጠላ ኃይለ ዓቢየ ወዕፁበ ዘረከበ ሞት። ኢሳ ፷፭፡፰።	26 ‹እንሆ ሠልጢኑና ዝነበረ ሞት ጠፍአ› ከምኡ ውን ‹እግዚአብሔር ካብ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ናይ ሥጋን ነፍስን ንብዓት ኣርሓቐ› ክብል እቲ ዓቢይ ነቢይ ኢሳይያስ ተዛረበ። ካብ ኵሉ ሰብ ከመይ ኢሉ ንብዓት ኣርሓቐ፡ ወይ ውን ነታ ብፍርዲ ዝገለጸ ቀዳማይቲ መርገም ከመይ ኢሉ ኣጥፍኣ፡ ነቲ ሞት ዝረኸቦ ፅኑዕ ሥልጣን ከመይ ጌሩ ኣጥፍኦ፡ ኢሳ 25፡8።
፷፯ ወጠቢብኒ ጳውሎስ ይሚህረነ እንዘ ይብል እስመ ደቂቅ ተሳተፍዎ በሥጋ ወደምሂ ወውእቱኒ ዓዲ ተሳተፈ እሎንተ ከመዝ ከመ በሞቱ ያብጥል ዘበእዴሁ ሙዓተ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ወይፈውስ እለ እሙንቱ ታሕተ ፍርሃተ ሞት እሡራን ለቅንየት በኵሉ መዋዕለ ሕይወቶሙ። ዕብ ፪፡፲፬-፲፮።	27 እቲ በሊሕ ፈላጥ ጳውሎስ ውን ሰባት ሥጋን ደምን ብምኻን ከምዝመሰልዎ፡ ንሱ ውን ሥልጣን ሞት ኣብ ኢዱ ንዝኃዘ ሰይጣን ብሞቱ ምእንቲ ኸጥፍእ፡ ኣብ ኵሉ ዘመናዊ ንዲያብሎስ ብምግዛእን ንሞት ብምፍራሕን ተታኒዞም ንዝነበሩ ምእንቲ ኸድኅኖም፡ ከምዚ ሥጋን ደምን ብምኻን ንኣታቶም መሰለ። ዕብ 2፡14-16።
፷፰ ምንት ውእቱ ተሳትፎ በእሉ ከመዝ ዘእንበለ ከዊኖቱ ከማነ በሥጋ ወደም እምድንግል ቅድስት ወላዲተ እግዚአብሔር ማርያም እንዘ ውእቱ አምላከ ጽድቅ ዘውእቱ ቃል ዘተወልደ	28 ብሥጋ ንሰባት ምምሳሉ እንታይ እዩ፡ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እንከሎ ካብ ወላዲተ እግዚአብሔር ቅድስት ድንግል ማርያም ብዝወሰዶ ነፍስን ሥጋን ከማና ሰብ ምኻኑ እዩ።ንሱ ኸኣ ካብ እብ ዝተወልደ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፭	ዘቂርሎስ ም. 75
እምአብ ወውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ ለዓለም ወቀዳማዊ በህላዌሁ ወለሊሁ ያበርህ በልዕልና ዕበዩ ባሕቲቱ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፯፡፫።	ኣካላዊ ቃል እዩ። ምስ አብ ንዘለዓለም ማዕረ እዩ። ብባህሪኡ ውን ቀዳማዊ እዩ፡ በቲ ልዕልና ዘለዎ ጐይትነቱ ውን ንሱ ንበይኑ የብርህ። ዮሓ 1፡1-14። 17፡3።
፭፱ መምሰሉ ወዕሪናሁ ለዘወለዶ ወአኮ ሐይዶ ዘኮነ ዕሩየ ምስለ እግዚአብሔር አላ አትሒቶ ርእሶ ወነሢኦ አርአያ ገብር እማርያም ድንግል ኮነ በአርአያ ሰብእ ወተረክበ በአምሳለ እንለ እመሕያው ወተትሕተ ባሕቲቱ ወኮነ ተአዛዜ እስከ ለሞት ወሞቱሂ ዘበመስቀል። ፊልጵ ፪፡፭-፲።	29 ነቲ ዝወለዶ አብ ብመልክዕ ዝመሰሎ ብባህርይ ውን ዝተሻነሎ ንሱ እዩ። ደልዩ መንዚዑ ምስ እግዚአብሔር ዝተመዓራረየ ኣይኮነን። ርእሱ ኣዋሪዱ ካብ ድንግል ማርያም ናይ ኣዳም ባህርይ ወሲዱ ብባህርይ ሰብ ተረኽበ። ብመልክዕ ሰብ ውን ተገልጸ እምበር። ንሱ ጥራይ ተዋሪዱ ክሳዕ ሙማት በጺሑ ሕራይ በለ። ሙማቱ ውን ኣብ መስቀል እዩ። ፊል 2፡5-10።
፴ ወባሕቲቱ ተዋረደ እስከነ ዝንቱ ትሕትና ዝኩ ዘይሁብ ለኵሉ እምፍጻሜሁ ለሊሁ ባሕቲቱ ወረደ እንዘ ኢያጌብሮ መኑሂ ወነሥአ አርአያ ገብር በፈቃዱ በእንቲአነ ዝኩ አግዓዚ በህላዌሁ ባሕቲቱ ኮነ ውስተ ዘዚአነ ዝኩ ዘመልዕልተ ኵሉ ፍጥረት ተጐለቈ ምስለ እለ እሙንቱ ውስተ ሞት ዝኩ ዘያሐዩ ኵሎ ወውእቱ ኅብስተ ሕይወት ዘወረደ እምሰማያት ወይሁብ ሕይወት ለዓለም። መዝ ፹፮(፹፯)፡፫-፮። ፻፲(፻፱)፡፩። ዮሐ ፮፡፳፮-፷፫።	30 ካብቲ ፍጹም ክብሩ ንኮሉ ዝህብ ንሱ፡ ክሳዕ እዚ ክሳዕ ሰብ ምኻን በጺሑ ተዋረደ። ማንም ከየገደዶ ንሱ ጥራይ ወረደ። ብባህርዩ ምግዛእ ዘይብሉ ንሱ ጥራይ ንኣና ንምድኃን ንባህርየ ኣዳም ብፍቓዱ ተዋሓደ። ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ዝኾነ ንሱ ብናትና ባህርይ ተረኽበ። ንኮሉ ዘድኅን ንሱ ምስቶም ብሞት ዝተታኅዙ ተቈጽረ። ካብ ሰማይ ዝወረደ፡ ንዓለም ሕይወት ዝህብ ናይ ሕይወት እንጌራ ንሱ እዩ። መዝ 88(87)፡3-6። 110(109)፡1። ዮሓ 6፡26-63።
፴፩ ኮነ መትሕተ ሕግ ምስሌነ ዝኩ ዘመልዕልተ ሕግ ወሐጋጌ ሕግ በመለኮቱ ተረክበ ኀሉቈ ምስለ ፍጡራን ዝኩ ዘውእቱ እምቅድመ ዓለም ወእምቅድመ ኵሉ አዝማን በህላዌሁ ወፈድፋደሰ ፈጣሪ ወገባሪ ለአዝማን ወለመዋዕል ወእፎ እምኮነ በአርአያነ ዘእንበለ ዳእሙ ሶበ ነሥአ ሥጋ እምድንግል ቅድስት ወኢኮነ ውእቱ ሥጋ ዘእንበለ ነፍስ በከመ ሐለዩ ዐላውያን አላ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወከመዝ ተወልደ እምብእሲት።	31 ብጐይትነቱ ሕጊ ዝሠርዐ፡ ሕጊ ምሕላው ዘይምልከቶ ንሱ ከማና ሕጊ ክፍጽም ተረኽበ። ዓለም ከይተፈጥረ ዘመን ከይተ ቐጽረ ብባህሪኡ ጸኒው ዝነበረ ንሱ ምስ ፍጡራን ተቈጽረ። ዝያዳ እኳ ደኣ ዘመንን ዕለትን ዝፈጠረ ዝወሰነ ንሱ እዩ። ካብ ንጽሕት ድንግል ሥጋ ስለ ዝተዋሓደ እዩ እምበር ብናትና ባህርይ ከመይ ኢሉ ምተረኽበ ነይሩ፡ እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን እትዛረብ ነፍሲ ዘላቶ እዩ እምበር መናፍቓን ከምዝብልዎ ነፍሲ ዘይብሉ ኣይኮነን። ከምዚ ኢሉ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ካብ ድንግል ተወልደ።
፴፪ ወውእቱ ሰብእ ፍጹም በአማን ዘእንበለ ኃጢኣት ወአኮ በአምሳል ወበትምክሕት ወኢጎደገ እምኔሁ	32 ንሱ ብዘይ ኃጢኣት ብሓቂ ፍጹም ሰብ ኮነ። ብሓሶትን መሲሉ ብምርኣይን ሰብ ኣይኮነን። በቲ ሰብ ምኻኑ ውን ነቲ ቀዳማይ ባህሪኡ ኣይገደፈን። ገንዘቡ ዝኾነ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፩	ዘቂርሎስ ም. 75
መለኮቶ ዘሀለወ ቦቱ ወኢገደፈ እምኔሁ ዓዲ ዘዚአሁ አላ ለሊሁ ህልው በህላዌ እንዘ ውእቱ አምላክ።	ጐይትነቱ ውን ካብኡ ኣየርሓቕን። ኣምላኽ ብምኻኑ ደኣ ንሱ ብባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር እምበር።
፴፫ ንብል በእንተ ማርያም ድንግል ቅድስት ከመ ይእቲ ወላዲተ አምላክ ወበከመ ይቤ ጳውሎስ ፩ዱ አምላክ ወውእቱ አብ ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ፍጥረት ወ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ኢይትከፈል ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ መድኃኒነ ጎበ ክልኤቱ። ፩ቆሮ ፰፡፮።	33 ብዛዕባ ንጽሕት ድንግል ማርያም ድማ ወላዲት ኣምላኽ ከምዝኾነት ንዛረብ ኣሎና። ጳውሎስ ከምዝበሎ ውን፥ ኣምላኽ ሓደ እዩ፡ እዚ ድማ ኵሉ ፍጥረት ጸኒዑሉ ዝነብር አብ እዩ። ኵሉ ዝተፈጥረሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ሓደ እዩ። ሓደ ጐይታ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይበሃልን እዩ። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፴፬ ቃለ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ከማነ ወኮነ ሥጋ አኮ ዘከመ ይሔልዩ ዓብዳን ዐላውያን ከመ መለኮት ወትስብእት ተሠውጠ ዝንቱ በዝክቱ ወተቶስሐ አው እግዚአብሔር ቃል ተመይጠ ጎበ ህላዌ ሥጋ አው ህላዌ ሥጋ ተመይጠ ጎበ ህላዌ መለኮት ወቃለ እግዚአብሔር እግዚአብሔር ውእቱ ኢይትዌለጥ ወኢይትመየጥ ። ዮሐ ፩፡፩-፮።	34 ከማና ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል እዩ። ሰብ ኮነ። መለኮትን ትስብእትን እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኃደረ ተሓዋወሰ ወይ እግዚአብሔር ቃል ናብ ባህርየ ሥጋ ወይ ውን ባህርየ ሥጋ ናብ ባህርየ መለኮት ተለወጠ ክብሉ መናፍቓን ከም ዝዛረብዎ ኣይኮነን። እግዚአብሔር ቃል እግዚአብሔር እዩ። ኣይልወጥን ኣይናወጽን እዩ። ዮሓ 1፡1-6።
፴፭ ወንሕነ ንብል እስመ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ተዋሐደ ምስሌሁ እሙነ ሶበ ተሠገወ በሥጋ ቃል እምቅድስት ድንግል ወኮነ ሰብአ የአክል ሃይማኖት ርቱዕ ሃይማኖት ዘአልቦ ነውር ወእምነት በቅድስት ድንግል ከመ ይእቲ ወላዲተ አምላክ ወኢይደሉ ወኢኮነ ሠናየ ትትበሀል ወላዲተ ሰብእ ወዘመሀረነ ከመ ንእመን ቦቱ ውእቱ ፩ደ አምላክ።	35 ንሕናስ ቃል ካብ ንጽሕት ድንግል ሥጋ ወሲዱ ሰብ ምስ ኮነ፡ እትዛረብ ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ ምስኡ ብሓቂ ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ። ነውሪ ነቐፋ ዘይብሉ ቅኑዕ ሃይማኖት ይኣክል። ቅድስት ድንግል ወላዲተ ኣምላኽ ከምዝኾነት ምእማን ዝጠቅም እዩ። 'ወላዲት ሰብ እያ' ምባል ኣይግባእን፡ ጽቡቕ ውን ኣይኮነን። ብእኡ ምእንቲ ክንኣምን ዝመሃረና ውን ሓደ ኣምላኽ እዩ።
፴፮ ወዓዲ ነአምን ቦቱ እምድኅረ ኮነ ሰብአ በከመ ይቤ ጳውሎስ ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ ውእቱ ዐራቂ ማዕከለ እግዚአብሔር ወሰብእ ወንሕነ ንብል ከመ ቃል ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ በህላዌ ሥጋ በከመ ጽሑፍ ወዘከመ ይደሉ ወድንግልሂ ንጽሕት ወለደት ቃለ እግዚአብሔር	36 ከምኡ ውን ድኅሪ ሰብ ምኻኑ፡ ከምቲ ጳውሎስ ‹እግዚአብሔር ሓደ እዩ፡ ሰብን እግዚአብሔርን ዘተዓረቐ ክርስቶስ ድማ ሓደ እዩ› ዝበሎ፡ ብእኡ ንኣምን ኢና። ከምቲ ዝተጻሕፈ ከምዝግባእ ብባህርየ ሥጋ ቃል ከይተለወጠ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን። ንጽሕት ድንግል ውን ካብቲ ናታን ናትናን ዝኾነ ካብዚ ባህርይ ዝተረኽበ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፯

በሥጋ እምዝንቱ ህላዌ ዘውእቱ ዘዚአሃ ወዘዚአነ ። ፩ጢሞ ፪፡፭።

፴፯ ወሶበሂ ንቤ ከመ ይእቲ ወላዲተ አምላክ ኢይባእ ኑፋቄ ውስተ ልብክሙ ከመ ንጽሕት ድንግል ወለደት መለኮተ ዕሩቀ እንበለ ትስብእት አላ ወለደት ቃለ እግዚአብሔር ዘተዋሐደ ምስለ ሥጋ ወኢነአምር ከመ ይእቲ ወላዲተ አምላክ ዘእንበለ በዝንቱ አምሳል ባሕቲቱ ወእምኔትሂ በትስብእቱ ይመርሀነ ጥንተ ትስብእቱ እንበለ ኑፋቄ ወከመዝ ንሕነ ነአምን ከመ ድንግል ቅድስት ኮነት ታኦዶክስ ዘውእቱ ወላዲተ እግዚአብሔር ብሂል ወሶበ ወለደቶ ለነ መንክረ ለዋሕድ ክርስቶስ በተሳትፎቱ ደመ ወሥጋ ከማነ። ሮሜ ፩፡፫። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፪፡፲፬።

፴፰ ወኢንትአመን ዘከመ እምኔተ ዐላውያን እለ ይብሉ ከመ ሥጋ ዘኮነ እምወላዲተ እግዚአብሔር ማርያም አኮ ዕሩይ ምስሌሃ ወኢይትማሰል ህላዌሃ ወዘከመ ግብረ ትስብእት ባሕቲቱ ይትማሰል እስመ ይብሉ ጽርዕ ወህላዌሁ ኢኮነ ትስብእተ ዘበአማን አላ አምሳለ ወልደ እጓለ እመሕያው በከመ አስተርአዮ ለዳንኤል ንሕነሰ ንብል ዕሩይ ውእቱ ምስሌነ ወእምህላዌነ ውእቱ በከመ ይቤ ጳውሎስ ወአኮ መላእክተ ዘተወክፈ አላ ዘርአ አብርሃም አልዐለ። ዳን ፯፡፲፫። ፲፪፡፯። ዕብ ፪፡፲፮።

፴፱ ወዓዲ ኢመሀረነ ሐዋርያ ከመ ውእቱ አምሳል አላ ይቤ ኢየሱስ ክርስቶስ ብእሲ ዘመጠዎ እግዚአብሔር ለመድኃኒተ ኵሉ ወንሕነሂ ዓዲ ንቤ በእንተ ዝንቱ ዋሕድ ከመ ውእቱ ዕሩይ ምስለ እግዚአብሔር አብ በመለኮቱ ዘከመ አምኑ ቦቱ አበዊነ እንዘ ይብሉ ወነአምን በ፩ዱ እግዚእ

በዚ ሥጋ፡ ንእግዚአብሔር ቃል ወለደት። 1ይ ጢሞ 2፡5።

37 ‹ወላዲት አምላኽ እያ› እንተበልና ውን ንጽሕት ድንግል ነቲ ካብ ሥጋ ዝተፈልየ መለኮት ከምዝወለደት ጌርኩም ኣብ ልብኹም ጥርጥር ኣይኅደር። ሥጋን ነፍስን ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ወለደት ደኣ እምበር። በዚ ምሥጢረ ተዋሕዶ ጥራይ ደኣ እምበር ብኻልእ ኣምላኽ ወሊዳ ኣይንብልን። ሰብ ኮይኑ ኢልና ምእማንና ውን ነቲ ሰብ ዝኾነሉ ጥንት መሠረት ብዘይጥርጥር ይምህረና። ከማና ነፍስን ሥጋን ብምውሓዱ፡ ነቲ ሓደ ክርስቶስ ብግሩም ልደት ኣብ ዝወለደትሉ ጊዜ፡ ንጽሕት ድንግል ታኦዶክስ ማለት ወላዲት እግዚኣብሔር ከምዝኾነት ንኣምን። ሮሜ 1፡3። ገላ 4፡4። ዕብ 2፡14።

38 ከም እምነት ናይቶም ‹ካብ ወላዲተ እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ዝተረኽበ ሥጋ ምስኣ ሓደ ኣይኮነን፡ ንባህሪኣ ውን ኣይመስልን፡ ጽርኣውያን ከምዝብልዎ ሥራሕ ሰብነት ብምሥርሑ ጥራይ እዩ ዝመስል፡ ንዳንኤል ከምዝተራእዮ ሰብ ይመስል እምበር ባህሪኡ ብሓቂ ናይ ሰብ ባህርይ ኣይኮነን› ዝብሉ መናፍቓን ኣይንኣምንን ኢና። ንሕናስ ንሱ ምሳና ሓደ እዩ፡ ካብ ባህርይና ውን ዝተረኽበ እዩ ንብል። ከምቲ ጳውሎስ ባህርየ ኣብርሃም ተዋሓደ እምበር ባህርየ መላእክት ኣይተዋሓደን ዝበሎ እዩ። ዳን 7፡13። 12፡7። ዕብ 2፡16።

39 ከምኡ ውን ሓዋርያ፡ ንሱ ኣምሳል ከምዝኾነ ኣይመሃረናን። ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነት ኵሉ፡ እግዚኣብሔር ንሕማም ንሞት ኣጎሊፉ ዝሃቦ ፍጹም ሰብ እዩ በለ ደኣ እምበር። ንሕና ውን እቲ ዋሕድ ንሱ ምስ እግዚኣብሔር **ኣብ** ብመለኮት ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ። ብመለኮቱ ምስ **ኣብ** ሓደ ብዝኾነ ብሓደ ወልደኣብ፡ ብሓደ ጐይታ ኢየሱስ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፯	ዘቂርሎስ ም. 75
ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ። ሮሜ ፰፡፴፪።	ክርስቶስ ንኣምን፡ ከምዝበሉ ኣቦታትና። ሮሜ 8፡32።
፴ ወኢይደሉ ናንውር ነገረ በነገረ ሕሊናነ ወኢንበል ኢኮነት ማርያም ወላዲተ እግዚአብሔር የአክል ዘእቤ ቀዳሚ ወከመዝ ንትአመን ባቲ በምሥጢርነ ወኢነሀቦሙ ምክንያተ ለእለ ያነውሩ ነገረ ጽድቅ ወልማዶሙ ለዐላውያን ይዌልጡ ዘተብህለ እሙነ ኀበ ነገር ሙሱን ወኀበ ሕሊና ሕስው ኢታንክር እምኔሆሙ በአይ አርአያ ያነብቡ መጻሕፍተ እግዚአብሔር በዘኢይደሉ እስመ ነአምር ከመ ኀጥላን እሙንቱ ። ገላ ፬፡፬። ፩ጴጥ ፪፡፲፮። ፪ጴጥ ፫፡፲፮-፲፰።	40 በቲ ካብ ልብና ዘንቓዕናዮ ነገር፡ ንተዋሕዶ ክንነቅፍ ኣይግባእን እዩ። ድንግል ማርያም ወላዲት እግዚኣብሔር ኣይኮነትን ኣይንበል። ኣቐዲመ ዝበልክዎ ይኣክል። ብሃይማኖትና ከምዚ ኢና እንኣምን። ንነገረ ሓቂ ዝነቐፉ ምክንያት ኣይንሃቦም። ነቲ ብሓቂ ዝተነግረ ናብቲ ክፉእ ነገርን ናብ ሓሶት ሓሳብን ምልዋጥ ናይ መናፍቓን ልማዶም እዩ። ነቶም እግዚኣብሔር ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ከመይ ኢሎም ብዘይግባእ የንብብዎም ኢልካ ኣይትደነቕ። ከመይ ዓያሹ ምኳኖም ንፈልጥ ኢና። ገላ 4፡4። 1ይ ጴጥ 2፡12። 2ይ ጴጥ 3፡16-18።
፴፩ ወለነኒ ይደልወነ ይእዜ ከመ ናብጽሕ አርአያ ነገር ዘከመ ይደሉ ርቱዐ እመሰ ኢየአምኑ ርቱዐ አልብነ ኀብር ምስሌሆሙ ዳእሙ ይሰምዑ ቃለ እግዚአብሔር ዘተብህለ በነቢይ አሌ ሎቱ ለዘይሬስዮ ለእኩይ ሠናየ ወለሠናይ እኩየ አልቦቱ ትድምርት ለጽልመት ምስለ ብርሃን ወኢኅብረት ለክርስቶስ ምስለ ቤልሖር። ኢሳ ፭፡፳። ፪ቆሮ ፮፡፲፬-፲፮።	41 ንኣና ግና ብሓቂ ከምቲ ዝግባእ ነገረ ምሥጢሩ ክንርዳእ ይግባእ። ቅኑዕ እምነት እንተ ዘይኣሚኖምሲ ምስኣቶም ኀብረት የብልናን። ነቲ ‹ንክፉእ ጽቡቕ፡ ንጽቡቕ ክፉእ› ዝብል ሰብ ወይልኡ ተባሂሉ ብነቢይ ዝተነግረ ቃል እግዚኣብሔር ደኣ ይስምዑ እምበር። ብርሃን ምስ ጸልማት ኀብረት የብሉን፡ ክርስቶስ ውን ምስ ሰይጣን ኀብረት የብሉን። ኢሳ 5፡20። 2ይ ቆሮ 6፡14-16።
፴፪ ንሕነሰ ንመስል በአርአያ ፍኖት እንተ አልባቲ ምንትኒ እምነ ሐሰት አው ዘከመ መካን ርትዕት እንተ ዘንጉሥ ወከመዝ ንነሥእ አክሊለ ሰማያዌ በኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ዘለዓቱ ስብሐት ወለአቡሁ ወለመንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን። ሆሴ ፲፩፡፱። ማቴ ፯፡፲፫።	42 ንሕናስ በታ ምንም ሓሶት ዘይብላ መንገዲ ወይ በታ ቅንዕቲ ዝኾነት መንገዲ ንጉሥ መሲልና ኢና ንምህር። በዚ ኸኣ በቲ ምስ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ንዘለዓለም ብሓቂ ዘይኃልፍ ክብሪ ናቱ ዝኾነ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚንና ሰማያዊ ኽብሪ ንወርስ። ሆሴ 14፡9። ማቴ 7፡13።

❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፸፮	ዘቂርሎስ ም. 76
ምዕራፍ ፸፮ ክፍል ፴፭	**ምዕራፍ 76 ክፍሊ 35**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ውስተ ቀዳማዊ መጽሐፉ ዘይሰመይ መዝገብ እስመ መድኀን ዘተወልደ እምድንግል ዋሕዱ ለአብ ውእቱ ወከመዝ ነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ ፩ዱ ዋሕድ። ዮሐ ፩፡፲፰። ፫፡፲፰። ሮሜ ፩፡፫። ፩ቆሮ ፰፡፮	1 ከምኡ ውን እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ኣብቲ መዝገብ ዝበሃል ኣብ መጀመርታ መጽሓፉ ከምዚ በለ፥ ካብ ድንግል ዝተወልደ መድኀን ንኣብ ሓደ ወዱ እዩ። ብከምዚ ኽኣ እቲ ሓደ ዋሕድ ከምዝኾነ ንኣምን። ዮሓ 1፡18። 3፡18። ሮሜ 1፡3። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፪ ወእመሂ ተብህለ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ተፈጥረ ዘከመ ሥርዓተ ትስብእት ወሐመ በእንተ መድኀኒተ ዓለም በከዊኖቱ ሥጋ ውእቱ ለሊሁሰ ወልዱ ዋሕድ ውእቱ ለአብ ወኢኮነ ፍጡረ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።	2 ሰብ ብምኻኑ ተፈጥረ፡ ከምኡ ውን ዓለም ንምድኃን ሥጋ ስለዝለበሰ ሓመመ እንተ ተባህለ፡ ንሱስ ንኣብ ሓደ ወዱ እዩ፡ ፍጡር ኸኣ ኣይኮነን። ዮሓ 1፡1-14።
ክፍል ፴፮	**ክፍሊ 36**
፫ ወካዕበ ይቤ በውስተ ክፍል ሳብዕ እም ዳግማይ መጽሐፉ ዘይሰመይ መዝገብ በእንተ ቃል ዘሀሎ ውስተ መልእክተ ጳውሎስ ለሰብአ ቈላስይስ ዘይቤ እስመ ዝንቱ አምሳሊሁ ለእግዚአብሔር ዘኢያስተርኢ በኵረ ኵሉ ተግባሩ ። ቈላ ፩፡፲፭።	3 ደጊሙ ውን ብዛዕባ እቲ ኣብ መልእኽቲ ጳውሎስ ንሰብ ቈላስይስ፥ ‹ንዘይምርመር እግዚኣብሔር ዝመስሎ ቅድሚ ኵሉ ፍጥረት ዝነበረ እዩ።› ዝብል ተጻሒፉ ዘሎ ቃል፡ መዝገብ ኣብ ዝበሃል ካልኣይ መጽሓፉ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ከምዚ በለ። ቈላ 1፡15።
፬ ነጽሩ መጠነ ዝንቱ ዕበይ ይቤ አምሳሊሁ ለእግዚአብሔር ዘኢያስተርኢ ያጤይቅ ከመ ውእቱ መምሰሉ ለአብ በመለኮት ወቀዳሚሂ ንቤ በውስተ ድርሳን ዘደረስነ በእንተ ዝንቱ ቃል ከመ ኢይትረሳዕ ምንትኒ በእንተ አንብቦት ውስተ ዝንቱ ክፍል ዘንቡር ለነ።	4 መጠን ናይ'ዚ ክብሪ'ዚ ፍለጡ! ኣቲ ዘይምርመር **ኣብ** ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተሻነሎ በለ። ብመለኮት ንኣብ ዝመስሎን ዝተሻነሎን ከምዝኾነ የረድእ። ነዚ ኣብዚ ክፍሊዚ ተጻሒፉልና ዘሎ ኣብ ዘንበብናሉ ጊዜ፡ ብፍጹም ምእንቲ ከይርሳዕ ነዚ ነገር'ዚ ኣቐዲምና ተዛረብና።
፭ ወይደልወነ ከመ ንበል እሎንተ ካልኣነ ዲበ ዘነበብናሆሙ ቅድመ ወበከመ እግዚአብሔር አብ ዘኢያስተርኢ ጻድቅ ውኄር ዘለዓለም ባሕቲቱ ዘኢይመውት ከማሁ ለወልድኒ አምሳሊሁ ለአብ ቦቱ ኵሉ ዘተናገርነ በእንተ እግዚአብሔር አብ እስመ አምሳሊሁ ውእቱ ወኢይትማሰል ዝንቱ አምሳል ካልእኒ በምንትኒ ወዝንቱ	5 ኣብ ርእሲ'ቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ውን ነዚኦምን ካልኦትን ክንብል ይግብኣና እዩ። እቲ ዘይምርመር እግዚኣብሔር **ኣብ** ለዋህ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዘለዓለም ምጎላፍን ተመጣጣኒን ዘይብሉ ከምዝኾነ፡ ንኣብ ዝመስሎን ዝተሻነሎን ወልድ ድማ ኵሉቲ ብዛዕባ እግዚኣብሔር **ኣብ** ዝበልናዮ ገንዘቡ እዩ። ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ውን ዝተሻነሎ እዩ'ሞ እዚ ንኣብ ዝመስል ወልድውን ብፍጹም

ዘቁርሎስ ም. ፍ፮	ዘቁርሎስ ም. 76
አምሳል ዘአምላከ ጽድቅ ውእቱ ዘኢይመውት ጎር ወቅዱስ ወአምሳልሂ ይሜህረነ ከመ እግዚአብሔር ፩ዱ ውእቱ። ዮሐ ፩፡፲፯-፳፱። ፲፮፡፲፩። ዕብ ፩፡፩-፭። ኤፌ ፬፡፭።	ንካልኦት ኣይመስልን እዩ። ንአብ ዝመስል ወልድ ምልዋጥ ዘይብሉ ለዋህ ንጹሐ ባህርይ እዩ። ‹ይመስሎ› ምባሉ ድማ እግዚአብሔር ሓደ ከምዝኾነ የረድእ። ዮሓ 5፡17-29። 16፡15። ዕብ 1፡1-5። ኤፌ 4፡5።
፮ ወዝንቱኒ አምሳሊሁ ውእቱ ለዘኢያስተርኢ ወለሊሁ በኵረ ልደተ ኵሉ ተግባሩ ወኪያሆሙሰ ኢይትማሰል እስመ ባሕቲቱ ተወልደ እምአብ ወቦቱ ተገብረ ኵሉ። ዮሐ ፩፡፫።	6 እዚ ዘይምርመር ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ንሱ እዩ። ንሱ ውን ንኵሉ ፍጥረት መርከቢ ጥንቲ እዩ። ንፍጡራን ግና ኣይመስልን እዩ። በይኑ ካብ አብ ስለተወልደ ኵሉ ውን ብቃልነቱ ዝተፈጥረ እዩ።ዮሐ 1፡3
፯ ሶበሰ ዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ተፈጥረ ወተወልደ እምኢሀለወ ለሊሁ እምቅድመ ኵሉሙ ፍጡራን ወባሕቱ ውእቱሂ እምኮነ ፍጡረ ምስለ ኵሉሙ ፍጡራን ከመ ኢይኩኑ ፍጡራን እምኔሁ ባሕቲቱ እመሰ ፍጡር ውእቱ ምስለ ኵሉሙ ፍጡራን ለሊሁኒ ይትጌለቍ ምስሌሆሙ ዘከመ ፩ዱ እምኔሆሙ ዘከመ ይሔልዩ ዐላውያን በስሕተቶሙ እመሰ ከመዝ ውእቱ እምተወልዱ ኵሉሙ ፍጡራን እምኔሁ ወዝንቱሰ ኢይደሉ ወርስዐት ውእቱ ሐልዮቱ ለዝንቱ ወተናግሮቱ።	7 ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ንሱ ተፈጢሩ እንተ ዝውለድ ነይሩስ ንሱ ቅድሚ ኵሎም ፍጡራን ኣይምነበረን ነይሩ። ንሱ ውን ፍጡራን ብናቱ ኣርካቢነት ጥራይ ዘይርከቡ፣ ከም ኵሎም ፍጡራን ፍጡር ምኾነ ነይሩ እምበር። ከም ኵሎም ፍጡራን ፍጡር እንተ ዝኸውን ነይሩሲ ምስቶም ፍጡራን ከም ሓደ ምስ ተቈጽረ ነይሩ። ከምቲ መናፍቓን ብስሕተቶም ዝብልዎ ከምዚ እንተዝኸውን ኵሎም ፍጡራን ካብኡ ምስተወልዱ ነይሮም። እዚ ግና ኣይክኣልን እዩ። ነዚ ምሕሳብ ኮነ ምዝራብ ውን ክሕደት እዩ።
፰ ወጥበብኒ እንተ ተወልደት እምእግዚአብሔር በእንተ ምንት ትትፈጠር በእንተ ምክንያተ ድኅነቶሙ ለሰብእ ባሕቱ ተፈጥረት በልብሰተ ሥጋ ወአኮ ዘትትፈጠር ኵሎ አሚረ አላ ተፈጥረት ጥንተ ለፍኖተ እግዚአብሔር እንተ ለሊሁ የሐውራ ወታብጽሖ ለዘየሐውር ዲቤሃ ኀበ እግዚአብሔር እስመ አልቦ መኑሂ ዘይክል በጺሐ ኀበ እግዚአብሔር ዘእንበለ ወልድ። ማቴ ፲፩፡፲፫። ፲፰፡፲፭። ዮሐ ፲፬፡፮።	8 ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረክበት ጥበብ ስለምንታይ ትፍጠር፡ ግና ሰብ ንምድኃን ሥጋ ብምልባስ ተፈጥረት። ኵሉ ጊዜ ውን ትፍጠር ኣይኮነትን። ግና ንሱ ዝኸዳ መገዲ እግዚአብሔር ጥንቲ ኮይና ደኣ ተፈጥረት እምበር። ነቲ ዝኣምና ውን ናብ እግዚአብሔር ተቐርቦ እያ። ከመይ ብዘይ ወልድ ናብ እግዚአብሔር ክቐርብ ዝኽእል ስለዘየልቦ። ማቴ 7፡13። 18፡11። ዮሓ 14፡6።
፱ ወበምክንያተ መጽሐፍኒ ዘይቤ ከመ ውእቱ በኵረ ተግባሩ ኢይምሰልከ ከመ ፍጡር ውእቱ ስማዕ ዘተጽሕፈ እምድኅረዝ እንዘ ይብል ከመዝ እስመ	9 ብምኽንያት እቲ መጽሓፍ ‹በኵሪ ኵሉ ፍጥረት እዩ› ስለዝበለ ፍጡር ኣይምሰልካ። ነቲ ብድኅር'ዚ ዝተጻሕፈ ስማዕ፡ ዝኣን ዘይርአን ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ኵሉ ፍጥረት ብናቱ

ዘቂርሎስ ም. ፷፮	ዘቂርሎስ ም. 76
ቦቱ ተፈጥረ ኵሉ ፍጥረት እለ በሰማያት ወእለ ውስተ ምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ይብል በእንተ መናፍስት ለባውያን እለ አልቦሙ ሥጋ እለ ኢያስተርእዩ ወይብል በእንተ ሥጋውያን እለ ያስተርእዩ።	ሥልጣን ተፈጥረ በለ። ነቶም ዘይርኣዩ ግዘፍ ዘይብሎም ፈላጣት ዝኾኑ መላእክቲ ‹ዘይረአ› በለ። ነቶም ዝረኣዩ ግዙፋን ፍጥረታት ድማ ‹ዝርአ› በለ።
ክፍል ፴፮	**ክፍሊ 37**
፲ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ በድርሳኑ ውስተ ክፍል ሳምን በእንተ ዘተጽሕፈ ውስተ ምሳልያት እንተ ትብል ጥበብ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ።	10 ደጊሙ እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ነቲ ‹ጥበብ በለት እግዚአብሔር ፈጠረኒ› ተባሂሉ ብምሳሌ ዝተነግረ ኣብ ዝተርጎመሉ ድርሳኑ ኣብ ሻሙናይ ክፍሊ ከምዚ በለ።
፲፩ ወዘንተ ንቤ ዘከመ ሐለይነ ቅድመ በእንተ ዘውስተ ምሳሌያት ወእምእሊእነ ብዙኃን ይትዌከፉ ዘንተ ዘይቤ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ መቅድመ ፍናዊሁ ወተግባሩ ያበጽሕዎ ለትስብእቱ ዘከመ ተብህለ በወንጌል ከመ ቃል ሥጋ ኮነ። ምሳ ፰፡፳፪። ዮሐ ፩፡፲፬።	11 ብዛዕባ እቲ ብምሳሌ ዝተጻሕፈ ቃል ኣቐዲምና ከም ዝበልናዮ ነዚ ተዛረብና። ነቲ ‹ቅድሚ ፍጥረቱ እግዚአብሔር ፈጠረኒ› ንዝበሎ ቃል፡ ካባና ብዙኃት ኣሚኖም ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ይዛረቡሉ። ኣብ ወንጌል ‹ቃል ሥጋ ኮነ› ከም ዝተባህለ። ምሳ 8፡22። ዮሓ 1፡14።
፲፪ ተፈጥረ ጥበብ ዘውእቱ ቃል በከዊኖቱ ሥጋ መቅድመ ተግባሩ ለእግዚአብሔር እስመ ዝንቱ አምላክ ኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ዘነሥአ እምቅድስት ድንግል እንበለ ውላጤ እስመ ተግባሩ ለእግዚአብሔር ንቡራን በተፈጥሮቶሙ እምነ ጥበብ ወይእዜኒ ጥበብ ትቤ ፈጠረኒ እግዚእ መቅድመ ተግባሩ።	12 ጥበብ ተፈጥረ፡ ንሱ ድማ ቃል እዩ። ቅድሚ ፍጥረቱ ዝነበረ ቃል፡ ሥጋ ብምኻኑ እዚ ኣምላኽ ብዘይምልዋጥ ካብ ንጽሕት ድንግል ምስ ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ እዩ። ፍጥረታት እግዚአብሔር ካብ ጥበብ ተረኺቦም፡ ብባህሪኦም ጸኒያም ይነብሩ እዮም እሞ ሕጂ ኸኣ ጥበብ ቅድሚ ፍጥረት ዝነበርኩ ንኣይ ጐይታ ፈጠረኒ በለት።
፲፫ ተፈጥረት ከመ ትትወከፍ አርአያ ገብር ወኢትቤ ፈጠረኒ አብ አላ ትቤ ፈጠረኒ እግዚአብሔር ሀለዎ ለወልድ ይትናገር ለመንገለ አካለ አቡሁ ባሕቲቱ ይሰምዮ አቡሁ ለሊሁ ተፈጥረ በገቢሮቱ ለሙቱ አርአያ ገብር ወበእንተዝ ይቤ ፈጠረኒ እግዚእ ወኢይቤ አቡየ። ዮሐ ፩፡፲-፴። ፊልጵ ፪፡፯። ፩ዮሐ ፩፡፫።	13 ናይ ግዙእ (ኣዳም) ባህርይ ገንዘብ ንክትገብር ሰብ ኮነት። ጐይታ ፈጠረኒ ደኣ በለት እምበር **ኣብ** ፈጠረኒ ኣይበለትን። ወልድ ንኣቦኡ ጥራይ ንምምልካት ኣብ ዝዛረበሉ ጊዜ ‹ኣቦይ› ይብሎ። ናይ ግዙፍ (ኣዳም) ባህርይ ገንዘብ ብምግባሩ፡ ንሱ ባዕሉ ሰብ ኮነ። ስለዚ ድማ ጐይታ ፈጠረኒ በለ እምበር ኣቦይ ኣይበለን። ዮሓ 1፡10-30። ፊል 2፡7። 1ይ ዮሓ 5፡20።
፲፬ ወበድልወት ኮነ ኮኑኔ እግዚእ ከመ ይፍቅዱ ተግባሩ ኀበ አእምሮቱ እስመ	14 ፍርዲ ጐይታ ብዝግባእ ኮነ። ፍጥረቱ ንእኡ ናብ ምፍላጥ ምእንቲ ክበጽሑ፡

ዘቂርሎስ ም. ፎፔ	ዘቂርሎስ ም. 76
ትዝምደ እጓለ እመሕያው ፃመወ እምኀ ዲያብሎስ ወኢጋንንቲሁ ወኢደለወ ይትረሳዕ ለዝላፉ በሙስና ወበእንተዝ ጽሕቀ እግዚአብሔር ለትዝምደ እጓለ እመሕያው ዘማሰነ ከመ ይድኃን ወኢደለወ ይኩን መድኃኒት እምኀበ መኑሂ ወበእንተዝ ፈነወ ወልዶ ዋሕደ ዘውእቱ ጥበቡ ይኩን ሥጋ ውስተ ከርሠ ድንግል ወላዲተ አምላክ ማርያም። ዮሐ ፲፯፡፭፩። ሮሜ ፭፡፲፬-፲፱። ፩ጴጥ ፪፡፳፫። ዕብ ፪፡፲።	ባህርየ ሰብ ብባርነት ዲያብሎስን ሠራዊቱን ተታኂዙ ደኺሙ ስለዝነበረ፡ በዚ ተታኂዙ ክተርፍ ኣይግባእን እዩሞ፡ ስለዚ ተጐዲኡ ዝነበረ ኀኪድኀን እግዚአብሔር ንባህርየ ሰብ ዘከረ። ድኀነት ውን ካብ ማንም ክርከብ ኣይተኻእለን እሞ፡ ምእንቲዚ ኣብ ማኀፀን ወላዲተ ኣምላኽ ድንግል ማርያም ሰብ ንክኸውን ነቲ ጥበቡ ዝኾነ ሓደ ወዱ ለኣኾ። ዮሓ 17፡21። ሮሜ 5፡14-19። 1ይ ጴጥ 2፡23። ዕብ 2፡10።
፲፭ ወነሥአ ቃል ዘውእቱ ጥበብ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ እንበለ ውላጤ ከመ ያድኀኖ ለእጓለ እመሕያው ዘማሰነ አኮ ዘተቀብዐ ለርእሱ አላ ተቀብዐ ከመ ይኩን ዲበ ኃይላት ብዙኃት።	15 ጥበብ ዝኾነ ቃል፡ ነቲ ዝተጐድአ ሰብ ኀኪድኀን ከይተለወጠ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ወሰደ። ሥጋ፡ በቲ ዝገብሮ ዝተፈላለየ ኃይልታት ምእንቲ ክግለጽ ደኣ እዩ እምበር፡ ንርእሱ ክጥቀም ኢሉ ሰብ ዝኾነ ኣይኮነን።
፲፮ ወበከመ ተብህለ በእንቲኣሁ ባሕቲቱ መንፈሰ እግዚአብሔር ላዕሌየ በእንተዝ ቀብዐኒ ወፈነወኒ አስተፍሥሖሙ ለነዳያን ወእፈውሶሙ ለቀኑሳነ ልብ ወእሰብክ ግዕዛነ ለሚውዋን ወይርአዩ ዕውራነ ወእስምዮ ለዓመተ እግዚ አብሔር ኀሩየ ። ኢሳ ፷፩፡፩-፫። ሉቃ ፬፡፲፯-፳። ማቴ ፲፩፡፬-፮።	16 ‹ሥልጣን እግዚአብሔር ገንዘበይ እዩ፡ ምእንቲ ድኀነት ምእመናን ኣዋሓደኒ። ንነዳያን ከሐጕሶም፡ ብደዌ ነፍስን ሥጋን ንዝተታኀዙ ንከሕውዮም፡ ንዝተማረኹ ናፅነት ክሰብከሎም፡ ዕውራን ንክርእዩ፡ ነቲ እግዚአብሔር ሰብ ዝኾነሉ ዘመን ዘመነ ምሕረት ንኽብሎ ሰብ ገበረኒ።› ተባሂሉ ብዛዕባኡ ጥራይ ከምዝተነግረ እዩ። ኢሳ 61፡1-3። ሉቃ 4፡17-20። ማቴ 11፡4-6።
፲፯ ወዓዲ ቅዱስ ጴጥሮስ ጸሐፈ በእንተ ኢየሱስ ከመ ውእቱ ተቀብዐ እምእግዚአብሔር በመንፈስ ቅዱስ ወኃይል መጽአ ወአድኀኖሙ ለእለ ይትዔገሎሙ ዲያብሎስ ወከመዝ ኮነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብአ ወሞተ ወሐይወ አኮ በእንተ ምንትኒ ዘእንበለ ዳእሙ ከመ ይኩን እግዚአ ለሕያዋን ወለሙታን ወከመ ውእቱ ተቀብዐ ውእቱ ሞተ ወሐይወ ከመ ይፈጽም ዘተጽሕፈ በእንቲኣሁ። ግብ ሐዋ ፲፡፴፰። ኤፌ ፩፡፲፩። ዕብ ፪፡፲፰።	17 ከምኡ ውን ቅዱስ ጴጥሮስ ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ፡ ንሱ ካብ እግዚአብ ሔር ተረኺቡ ብጽኑዕ ሥልጣን ብከሃሊነት ከምዝተዋሓደ፡ ሰብ ኮይኑ ውን ነቶም ዲያብሎስ ዝሰዓሮም ከም ዘድኀኖም ተዛረበ። ‹ቀብዓኒ› ተባሂሉ ከምዝተነግረ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ሞተ ተንሥአ። ‹ሞተ ተንሥአ› ምባሉ ጐይታ ምዉታንን ሕያዋንን ንክኸውን እዩ እምበር ንካልእ ኣይኮነን። ከምቲ ሰብ ዝኾነ ሞተ ተንሥአ፡ እዚ ኸኣ ነቲ ብዛዕ ባኡ ዝተጻሕፈ ንክፍጽም እዩ። ግብ ሐዋ 10፡38። ኤፌ 1፡11። ዕብ 2፡18።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፮	ዘቂርሎስ ም. 76
፲፰ ተፈጥረ ከመ ይኩን መቅድመ ለተግባሩ ዘከመ ቃለ መጻሕፍት ወጥበብሂ ዘትብል ፈጠረኒ እግዚእ ያኤምር በእንተ ዘተፈጠረ ለርእሱ ሥጋ እምከርሠ ማርያም ድንግል ከመ ይትፈጸም ትንቢት ዘይቤ ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ ፀንሰት ድንግል እንዘ ኢተአምር ብእሴ ከመ ይኩን እግዚአብሔር ምስሌነ ወወለደት ከመ በወሊዶታ ይኩን እግዚአብሔር ምስለ እንለ እመሕያው። ምሳ ፰፡፳፬። ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፩፡፲፰-፳። ሉቃ ፩፡፴፬።	18 መጻሕፍቲ ከምዝበልዎ፥ ንፍጥረቱ መራሒ ንትሩፋት ጀማሪ ንክሽውን ሰብ ኮነ። ጥበብ ውን ‘ጐይታ ፈጠረኒ’ ዝበለቶ፡ ኣብ ማኅፀን ድንግል ንክዋሓድ ሥጋ ስለዝፈጠረ ከምዝኾነ የረድእ። 'እንሆ ድንግል ኪትፀንስ እያ ወዲ ውን ኪትወልድ እያ ስሙ ድማ ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ ትርጓሜኡ ድማ እግዚኣብሔር ምሳና ሓደ ኮነ ማለት እዩ' ተባሂሉ ዝተነግረ ትንቢት ንክፍጸም፡ ድንግል ሰብኣይ ከይፈለጠት ፀነሰት። እግዚኣብሔር ምሳና ሓደ ንክሽውን ወለደት። እዚ ኽኣ በቲ ምውላዳ እግዚኣብሔር ምስ ሰብ ሓደ ንክሽውን እዩ። ምሳ 8፡22። ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡18-20። ሉቃ 1፡34።
፲፱ ወዓዲ ይቤ መድኅን በአፈ ነቢይ ኢሳይያስ በእንተ ልደቱ እምድንግል ወበእንተዝ ተፀነሰኩ እምከርሠ ከመ ዐቅም ምግባራተ ብዙኀ ወዐቅም ኀገደ ያዕቆብ ወአስተጋብእ ዝርዋነ እስራኤል ወበእንተዝ ግብር ተፈጥረ እምከርሠ ድንግል ወላዲተ እግዚአብሔር ይኩን ጥንተ ወመቅድመ ለተግባረ እግዚአብሔር። ኢሳ ፵፱፡፩-፭።	19 ከምኡ ውን መድኅን ክርስቶስ ካብ ድንግል ብዛዕባ ምውላዱ፡ ብኣፍ ነቢይ ኢሳይያስ፡- ‘ብዙኀ ሥራሕ ንክሠርሕ ንኀገደ ያዕቆብ ንከጽንዕ፡ ነቶም ዝተበተኑ እስራኤል ክእክብ፡ በዚ ኣብ ማኅፀን ተፀነስኩ’ በለ። በዚ ሥራሕ እዚ ናይቲ እግዚኣብሔር ዝፈጠሮ ፍጥረት መራሒ ናይ ትሩፋት ጀማሪ ንክሽውን ቃል ሥጋ ኾነ። ኢሳ 49፡5-7።
፳ ወኮሉ ዘያፈጥን ወይትመየጥ ኀበ እግዚአብሔር ይተሉ አሠሮ ለዘተፀንሰ በከርሠ ወተፈጥረ ጥንተ ለተግባራት እንተ ዘያበጽሕ ኀበ እግዚአብሔር ለዘቦቱ ምግባራት ዝንቱ ዘተፈጥረ ይኩን ጥንተ በእንቲአሁ።	20 ቀልጢፉ ብንስሓ ናብ እግዚኣብሔር ዝምለስ ኮሉ፡ ኣሠር ናይቲ ኣብ ማኅፀን ዝተፀንሰ ይስዕብ። ጀማሪ ናይቶም ንዝፍጽሞም ናብ እግዚኣብሔር ዝቐርቡ ተግባራት ንክሽውን ሰብ ኮነ። ናይ ትሩፋት ጀማሪ ንክሽውን ሰብ ዝኾነ ንሱ እዩ።
፳፩ ወካዕበ ይቤ ከመዝ ይቤ እግዚአብሔር ዘፈጠረኒ እምከርሠ እኩኖ ገብረ ለአስተጋብኦተ ሕዝበ ያዕቆብ ወለአንሥኦተ እስራኤል እስመ ለሊሁ የአምረኒ ወስብሓትየ ቅድመ እግዚአብሔር ወእግዚእ ይከውነኒ ኃይለ ወይቤለኒ ዓቢይ ለከ ዝንቱ ከመ ይስምዩከ ወልድየ ከመ ታፅንዕ ሊተ አንጋደ እስራኤል ወትሚጥ ፄዋ ያዕቆብ ወይእዜኒ ረሰይኩከ ኪዳነ ለኵሉ	21 ከምኡ ውን ‘እቲ ንሕዝበ ያዕቆብ ሓደ ንምግባርን ንእስራኤል ንምድኃንን ኣገልጋሊ ንክኾኖ ኣብ ማኅፀን ዝፈጠረኒ እግዚኣብሔር ንሱ ስለዝፈተወኒ፡ ጐይትነተይ ውን ኣብ እግዚኣብሔር ዝነበረ እዩ'ሞ ጐይታ ኃይሊ ክኾነኒ እዩ። ንነገደ እስራኤል ኣብ ሃይምኖት ኸተጽንዓ ለይን ንምርኮ እስራኤል ክትመልሰለይን ወደይ ንክብሉኻ እዚ ንኣኻ ግሩም እዩ። ሕጂ ውን ክሳዕ ጫፍ ምድሪ ዘለዉ ንኩተድጎን ንኮሎም ወገን ኣሕዛብ

ዘቂርሎስ ም. ፹፮	ዘቂርሎስ ም. 76
ነገደ አሕዛብ ወትኩን መድኃኒተ እስከ አጽናፈ ምድር። ኢሳ ፵፱፥፮-፯።	መተኣማመኒ ገበርኩኻ በለኒ፥' በለ። ኢሳ 49፥5-7።
፸፪ ዝንቱ ምክንያተ ተፈጥሮቱ ውስተ ከርሠ ቅድስት ድንግል አኮ ለአስተ ጋብኦተ እስራኤል ባሕቲቶሙ አላ ይኩን መድኃኒተ ለኵሎሙ አሕዛብ እስከ አጽናፈ ምድር እሉ ዘአድኅኖሙ እምሥልጣነ ጽልመት ወአብርሃ ሎሙ በትእዛዛቲሁ ሶበ ተመይጡ እምስሕ ተቶሙ ወአምለክዎ ለእግዚአብሔር አምላከ ጽድቅ። ኢሳ ፵፮፥፲፬-፲፯። ቈላ ፩፥፲፪-፲፬። ማቴ ፭፥፸፩-፸፪።	22 እዚ አብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተፈጥረሉ (ሰብ ዝኾነሉ) ምክንያት እስራኤል ጥራይ ንምድኃን ኣይኮነን። ክሳዕ ወሰን ምድሪ ዘለዉ ኵሎም ኣሕዛብ ውን ንምድኃን ደኣ ሰብ ኮነ እምበር። እቶም ካብ ባርነት ዲያብሎስ ዘድኃኖም፥ ካብ ክሕደቶም ተመሊሶም ኑቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እግዚኣብሔር ምስ ኣምሰኹ ብወንጌል ፍልጠት ዝገለጸሎም እዚኣቶም እዮም። ኢሳ 45፥14-16። ቈላ 1፥12-14። ማቴ 5፥21-42።
ክፍል ፸፭	**ክፍሊ 38**
፸፫ ወካዕበ ይቤ በውስተ ዝንቱ ክፍል ሳምን ነአምሮሙ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ከመ አልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት ወበደኃሪ መዋዕል በፈቃደ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ሠምረ ወልድ ይኩን ሰብአ።	23 ከምኡ ውን በዚ ሻሙናይ ክፍሊ ከምዚ በለ፥ ንአብ **ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ኣረካቢ ኣሳለፌ ከምዘይብሎም ንፈልጦም ኢና። ኣብ ዳጎራይ ዘመን ውን ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ብፍቓድ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ሰብ ክኸውን ፈተወ።
፸፬ ወኢነአምር በምንትኒ ከመ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ለብሱ ሥጋ አው እሙንቱ ተጸብዑ በሥጋ አላ ዋሕድ ቃል ዘውእቱ አርአያሁ ለእግዚአብሔር አብ ወዘይትዔረዮ ባሕቲቱ ተትሕተ ወነሥአ አርአያ ገብር ወአስተርአየ በሥጋ ወተጸብአ ቦቱ ወሐመ በእንቲአነ በሥጋ በአምሳለ ሥጋ ኃጢአት ከመ ይትኀፈር ኃጢአት በሥጋሁ። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፥፳፯። ሮሜ ፰፥፫። ፊል ፪፥፯።	24 **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ሥጋ ከምዝለበሱ ወይ ውን ንሳቶም ብሥጋ መከራ ከምዝተቐበሉ ፍጹም ኣይንፈልጥን ኢና። ንእግዚኣብሔር **ኣብ** ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ሓደ ኣካላዊ ቃል ንሱ ጥራይ ተዋሪዱ፥ ናይ ግዙእ (ኣዳም) ባህርይ ተዋሒዱ ብሥጋ ተገልጸ፥ ብሥጋ ውን መከራ ተቐበለ። ሰብ ኮይኑ ብዝተቐበሎ መከራ ኃጢኣት ኻኸጥፍእ ከም በደለኛ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ። መዝ 118(117)፥27። ሮሜ 8፥3። ፊል 2፥7።
ክፍል ፸፮	**ክፍሊ 39**
፸፭ ወካዕበ ይቤ በውስተ ዝንቱ ክፍል ሶበሰ ኢተፈጥረ በልብሰተ ሥጋ ወኢወረደ ኀበ ፍጡራን እምኢክህሉ ፍጡራን ይነጽርዎ ወአኮ እኁለ እመሕያው ባሕቲቶሙ እስመ ኢይክሉ ነጽሮቶ አላ ፍጡራንሂ ዘመልዕልት ዘዘዚአሁ አርአያሆሙ ነባብያን ወመንፈሳውያን እምኢክህሉ ይነጽርዎ	25 ከምኡ ውን ኣብዚ ክፍል'ዚ ከምዚ በለ፥ ሥጋ ለቢሱ ሰብ እንተ ዘይከውንን ብሓፂር ቁመት ብጸቢብ ደረት ተወሲኑ እንተ ዘይግለጽን፥ ፍጡራን ክርእይዎ ኣይምኽኣሉን ነይሮም። ክርእይዎ ዘይክእሉ ድማ ሰባት ጥራይ ኣይኮኑን። መልክያም ዝተፈላለየ ዝኾነ፥ ዘመስግኑ ረቂቓን ዝኾኑ ኣብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ ውን በቲ ዝነበሮ ባህርዩ ክርእይዎ ኣይምኽኣሉን

ዘቂርሎስ ም. ፎ፯ ፥ ም. ፎ፯	ዘቂርሎስ ም. 76 ፥ ም.77
በዘሀለወ ቦቱ። ዘፀአ ፴፫፥፳። ዮሐ ፩፥፲፰። ፩ጴጥ ፩፥፲፪።	ነይሮም። ዘፀአ 33፥20። ዮሓ 1፥18። 1ይ ጴጥ 1፥12።
ክፍል ፵	**ክፍሊ 40**
፳፮ ወካዕበ ይቤ በውስተ ሣልስ ድርሳኑ ዘይቤ ከመ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ውስተ ክፍል ዘ፴ወ፱ እግዚአብሔር ቃል ለሊሁ ተሠገወ ከመ ንእመን ቦቱ ወለዘሥጋሂ ዘነሥኦ ረሰዮ አሐደ ምስሌሁ።	26 ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ኣብ ዝነገረሉ ሣልሳይ ድርሳኑ ኣብ ክፍሊ 49 ከምዚ በለ፥ ባዕሉ እግዚኣብሔር ቃል ምእንቲ ብእኡ ኽንኣምን ሥጋ ተዋሓደ። ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ገበሮ።
፳፯ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ እምነ ምድር ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወኢጎደገ ምንትኒ እምዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ። ኢሳ ፶፫፥፪።	27 ንክዋሓዶ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ካብ ድንግል ፈጠረ። ብዘይካ በይና ኃጢኣት ካብ ኵሉ ንኣና ዝግብኣና ሥራሕ ዋላ ሓንቲ ኣይጎደገን። ኢሳ 53፥2።
ምዕራፍ ፎ፯ ፥ ክፍል ፸፩	**ምዕራፍ 77 ፥ ክፍሊ 41**
፩ ወካዕበ ይቤ ውስተ ተጎሥሦ ዘ፫ወ፩ዱ ነሥአ ትስብእተ እምነ ዘርአ ዳዊት ወአብርሃም ወፈጠሮ እምከርሠ ማርያም ድንግል ቅድስት። ዕብ ፪፥፲፮። ግብ ሐዋ ፲፫፥፳፫።	1 ደጊሙ ውን ኣብ መበል 71 ሕቶ ከምዚ በለ፥ ካብ ዘርኢ ዳዊትን ኣብርሃምን ባህርየ ትስብእት ወሲዱ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ፈጠሮ (ናይ ዕለት ፅንሲ ገበሮ)። ዕብ 2፥16። ግብ ሐዋ 13፥23።
ክፍል ፸፪	**ክፍሊ 42**
፪ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተጎሥሦ ዘ፫ወ፭ ለሊሁ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ ሐዲሰ እምዘርአ ዳዊት በከመ ተጽሕፈ ወረሰዮ ሎቱ አሐደ ዘእምቅድስት ሥላሴ ወእንዘ ኢይትዔረይ ምስለ ህላዌሁ እምትካት አስተዐረዮ በተዋሕዶቱ ምስሌሁ ወንሰግድ ለሥሉስ ቅዱስ ዘ፩ዱ እምኔሆሙ ዝንቱ ። ሮሜ ፩፥፫	2 ከምኡ ውን ኣብ መበል 75 ሕቶ ከምዚ በለ፥ ነቲ ደኃር ዝተረኽበ ሥጋ ንክዋሓድ ካብ ዘርኢ ዳዊት ባዕሉ ፈጠረ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ከኣ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ናቱ ገበሮ። ቅድሚ ዓለም ብምንባር ብባህሪኡ ምስኡ ዘይመዓራረይ ከሎ ብተዋሕዶ ምስኡ ሓደ ገበሮ። ነቲ ንሱ ካብኡም ሓደ ዝኾነ ንሥሉስ ቅዱስ ንሰግድ። ሮሜ 1፥3 ።
ክፍል ፸፫	**ክፍሊ 43**
፫ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተጎሥሦ ዘ፬ወ፫ ይደሉ ነሐሊ ከመዝ እስመ ለሥጋ ዘተወክፎ ረሰዮ አሐደ ምስሌሁ በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት ።	3 ከምኡ ውን ኣብ መበል 83 ሕቶ ከምዚ በለ፥ ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ብዘይምፍላይ ብተዋሕዶ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝገበሮ ከምዚ ክንብል ይግባእ።
፬ ነአምን በእግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ፩ዱ ለሊሁ እግዚአብሔር ዘበአማን ለሊሁ ቃል ዘተወልደ እም	4 ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር ንሱ እግዚኣብሔር ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ኢልና ብጐይታና

ዘቂርሎስ ም. ፍ፯	ዘቂርሎስ ም. 77
እግዚአብሔር አብ ህልው ምስሌሁ እምቅድመ ዓለም ወአዝማን ወበደኃሪ መዋዕል ለሊሁ ዓዲ ተወልደ በሥጋ እማርያም ድንግል ወለአርአያ ገብር ዘነሥአ ረሰዮ ለሙቱ ለባሕቲቱ ወአኮ ለካልእ ግሙራ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ገላ ፬፡፬ ።	ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተወልደ ንሱ ቃል፣ ቅድመ ዓለም ምስኡ ነበረ። ብዳጎረዋይ ዘመን ከኣ ንሱ ካልኣይ ካብ ድንግል ማርያም ብሥጋ ተወልደ። ነቲ ዝተዋሓዶ ግዙእ ባህርይ ባዕሉ ተዋሓዶ እምበር ፈጺሙ ንካልእ ማኅደር ኣይገበሮን። ዮሓ 1፡1-14, ገላ 4፡4።
ክፍል ፸፬	**ክፍሊ 44**
፭ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተንሥሦ ዘ፹ወ፯ ነጽሩ እንከ ከመ ውእቱ ኮነ ከማነ ዘውእቱ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ወተዋረደ እስከ ዐቅመ ግብርናት በትስብእት እንተ ነሥአ።	5 ከምኡ ውን ኣብ መበል 87 ሕቶ ከምዚ በለ፥ ንሱ ከማና ሰብ ከምዝኾነ ፍለጡ። እዚ ኸኣ ሓደ ወልደ እግዚአብሔር እዩ። ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ ክሳዕ ግዙእ ምኳን ተዋረደ።
፮ ወኮነ ስምዐ ለባሕቲቱ እንዘ ያጤይቅ ግዕዛነ ህላዌሁ አመ ተስአሎ ለጴጥሮስ እንዘ ይብል ነገሥተ ምድር እምነ መኑ ይነሥኡ ዐሥራተ ወጸባሕተ እምውሉዶሙኑ ወሚመ እምነኪራን ወይቤሎ ጴጥሮስ እምነኪራን ወአውሥአ እግዚእ ኢየሱስ ወይቤሎ ውሉዶሙሰ አግዐዝያንኑ እንከ እንከሰ ግዑዝ ውእቱ ወልድ። ማቴ ፲፯፡፳፭-፳፯። ዘፀአ ፴፡፲፫።	6 ብባህሪኡ ባርነት ከምዘይብሉ ንከረድእ ንርእሱ መስከረ። ‹ናይዚ ዓለምዚ ነገሥታት ዓሥራትን ቀረጽን ዝቕበሉ ካብ መን እዮም ካብ ደቆም ድዮም ወይሲ ካብ ካልኦት፡› ክብል ንጴጥሮስ ምስ ሓተቶ ጴጥሮስ ከኣ ‹ካብ ካልኦት እዮም› በሎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን መሊሱ ‹እምበኣር ከምዚ ካብ ኮነስ ደቆም ናጻ እዮም፣ ወልድ ውን ናፃ እዩ› ክብል መስከረ። ማቴ 17፡24-27, ዘፀ. 30፡13።
፯ ነሥአ ለሙቱ ይእዜ አርአያ ገብር ወለገብርኒ ዘይቴሐት ረሰዮ እግዚአ ከመ ዘለሙቱ ወኢያስተተ በዘኮነኔ አርአያነ።	7 ሎሚ ናይ ግዙእ ባህርይ ናቱ ገበረ። እቲ ግዙእ ሥጋ ውን ናቱ ስለዝኾነ ገዛኢ ገበሮ። ብምኽንያት ፍርዲ ንባህራና ሸለል ኣይበሎን።
፰ ወኢይደሉ ይኩን ግብርናተ ዚአነ ውስተ ክብር ዘበካልእ አምሳል ዘእንበለ በንሢኡቱ ለእግዚእ አርአያ ገብር ከመ ይረስየነ ብሩሃነ ወንትለዐል በሕይወት አርያማዊት በእንቲአሁ ለልዑላን ስብሐተ መዋዒ በዘኮሉ መዋዕል ወበትሕትናሁ አማሰነ ትእይርተ ግብርናቲነ ወአርሐቆ እምኔነ።	8 እቲ ናትና ባርነት፣ ብቑልእ መልክዕ ኣብ ዝተረኽበ ክብሪ ክሽውን ኣይግባእን። እንታይ ደኣ! ፈላጣት ንክንብረናን ብሰማያዊ ክብሪ ንክንከብርን እቲ ብዙሉ ጊዜ ዘይምርመር ናይ ክብሪ በዓል ቤት ሰብ ብምኳኑ ጐይታ ናይ ግዙእ ባህርይ ናቱ ስለዝገበረ እዩ። ሰብ ብምኳን ውን ኣብ ባርነትና ንዘሎ ኣሸካዕላል ኣጥፍኣ። ካባናውን ኣርሓቐ።
፱ ወዘይትሌዐል ጥቀ እምኔነ ኮነ ከመ በውስተ ሥርዓተ ግብርናት እንዘ ውእቱ አግዐዚ በህላዌሁ ውስተ ኮሎ	9 ፈጺሙ ካባና ልዕል ዝበለ ንሱ ብኣገልግሎት ሥራሕ ከማና ኾነ። ብባህሪኡ ብዙሉ ሥራሕ ኣገልግሎት

ዘቂርሎስ ም. ፍ፯	ዘቂርሎስ ም. 77
ግብር ወበእንተ ዝንቱ ወሀበነ እንከ መዐርገ መለኮት እንዘ ሰብእ ንሕነ ወኮነ እሊአሁ ለአብ ሰማያዊ ለነኒ ዓዲ አቡነ ውእቱ ዘውእቱ አቡሁ በህላዌሁ ወሶበሂ ንቤ ከመ ውእቱ ነሥአ አርአያ ገብር ምሥጢረ ሥር ዓተ ትሥጉቱ ውእቱ ወእልክቱሰ እንዘ ይትአመኑ ከመ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ እግዚእ ወለሊሁ ቃል ዘእም እግዚአ ብሔር አብ ወዓዲ ይብሉ ከመ ውእቱ ብእሲ ጎሩየ ነሥአ ወኃደረ ላዕሌሁ።	ዘይግዛእ እንከሎ ሰብ ብምሣኡ ንሕና ሰባት እንከሎና መዓርግ ኣምላክነት ሃበና። ናይ ሰማያዊ አብ ወገናት ኮንና። እቲ ንእኡ ናይ ባህርይ አቦኡ ንኣና ኣቦና እዩ። ንሱ ናይ ግዙእ ባህርይ ናቱ ገበረ እንተ በልና ውን ሰብ ናይ ምሣኡ ሥርዓተ ምሥጢር እዩ። እቶም ‹ንሱ ሓደ ጐይታ ከምዝኾነ፣ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተረኽበ ቃል ከምዝኾነ› እናኣመኑ መሊሶም ከኣ ሰብ መሪጹ ከምዘቐረቦን ከምዝኃደሮን ይዛረቡ።
ክፍል ፸፭	**ክፍሊ 45**
፲ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተንሣሥ ዘ፪፲ወ፭ አኮ ሥጋሁ ህልወ ቅድመ ምስለ ህላዌ መለኮቱ አላ ፈጠሮ ሐዲሰ ወአብአ አፍአ እንከሰ ምዕረ ዳግመ ኢይወጽእ አፍአ ። ዘፍ ፩፡፳፭። ዮሐ ፩፡፲፬።	10 ከምኡ ውን ኣብ መበል 117 ሕቶ ከምዚ በለ፥ እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ምስ ባህርየ መለኮት ብቅድምና ዝነበረ ኣይኮነን። ደኃር ፈጢሩ ደኣ ተዋሓዶ እምበር። ካብ ሕጂ ንደኃር ምፍላይ የብሉን። ዘፍ. 1፡26። ዮሐ 1፡14።
ክፍል ፸፮	**ክፍሊ 46**
፲፩ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተንሣሥ ዘ፪፪ወ፭ ይቤ ጠቢብ ጳውሎስ ሐዋርያ በእንተ ጥበበ እግዚአብሔር ሶበሰ አእምሩ እምኢሰቀልዎ ለእግዚአ ስብሐት እግዚአብሔር ዘላዕለ ኵሉ ለሊሁ ዘመጽአ እምነ አይሁድ በሥጋ ውእቱ ዘሞተ በእንቲኣነ ወመጠዎ ቤዛነ በከመ ጽሑፍ ዘውእቱ ቡሩክ ለዓለመ ዓለም አሜን። ዮሐ ፫፡፴፭። ሮሜ ፰፡፴፪። ፱፡፭። ፩ቆሮ ፪፡፯-፰።	11 ከምኡ ውን ኣብ መበል 207 ሕቶ ከምዚ በለ፥ ጥበበኛ ጳውሎስ ነገረ ጥበበ እግዚኣብሔር (ወልድ) ከረድእ ከሎ፥ እንተ ዝፈልጥዎስ ኑቲ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ንእኡ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም በለ። ምእንታና ዝሞተ፣ ንኣና በኻ ጌሩ እግዚኣብሔር ዝሃቦ ካብ ወገን ኣይሁድ ብሥጋ ዝተወልደ ንሱ ንኮሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር እዩ። ከምቲ ‹ንዘለዓለም ብሓቂ ናይ ባህርይ ኣምላክ እዩ› ተባሂሉ ዝተጻሕፈ እዩ። ዮሓ 3፡31። ሮሜ 8፡32። 9፡5። 1ይ ቆሮ 2፡7-8።
፲፪ ወነገሩ ለቅዱስ ጳውሎስ ሰባኬ ጽድቅ ማኅደሩ ለክርስቶስ ይትማሰል ምስለ ንባቡ ለእግዚእነ ክርስቶስ መንገለ ሳምራዊት ዘይቤ አንትሙሰ ትሰግዱ ለዘኢተአምሩ ወንሕነሰ ንሰግድ ለዘነአምር እስመ መድኃኒት እምነ አይሁድ ውእቱ ። ዮሐ ፬፡፳፪።	12 ናይቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝምህር ክርስቶስ ዝኃደሮ ቅዱስ ጳውሎስ ነገሩ ምስቲ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ ‹ንሽኻትኩም ንዘይትፈልጥዎ ኢኹም እትሰግዱ ንሕና ግና እቲ ዘድኅን ክርስቶስ ካብ ወገን ኣይሁድ እዩ ዝውለድ እሞ ነቲ ንፈልጦ ኢና እንሰግድ›፣ ዝበላ ይመስል። ዮሓ 4፡22።

ዘቄርሎስ ም. ፎ፯	ዘቄርሎስ ም. 77
፲፫ ወኢሳይያስኒ ነቢይ ይቤ አኮ ውእቱ መተንብል ወኢመልአክ አላ ለሊሁ እግዚእ ዘመጽአ ወአድኀነነ ወኢያ ድኀነነ በደመ ነኪር ወኢበሞተ ብእሲ አላ በደሙ ባሕቲቱ ወአኮ ውእቱ ዘካልእ ወበእንተዝ ነገረ ጠቢብ ጳውሎስ ህልወ ዘከመ ይደሉ ። ኢሳ ፷፫፡፱። ዕብ ፪፡፲።	13 ነቢይ ኢሳይያስ ውን በለ÷ ሰብ ኮይኑ ዘድኀነና ንሱ ባዕሉ እግዚአብሔር እዩ እምበር ኣማላዲ ወይ መልኣኽ ኣይኮነን። ንሱ ብደሙ ኣድኃነና እምበር ብባዕድ ደም ብሞት ዕሩቕ ብእሲ ኣየድኃነናን። ብናይ ካልእ ደም ኣይኮነን። ስለዚ ውን ጥበበኛ ጳውሎስ ብሓቂ ከምዝግባእ ተዛረበ። ኢሳ 63፡9። ዕብ 2፡10።
ክፍል ፶፯	**ክፍሊ 47**
፲፬ ወካዕበ ይቤ በውስተ ተንሥሥ ዘፎየ፲ወ፯ እመሰ ይቤሉ በእንተ ዋሕድ ከመ ተውህቦ ሎቱ ዝንቱ ክብር በጸጋ ኢኮነ አሐደ በጕልቈ በከመ እቤ ቅድመ አላ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ካልኡ።	14 ከምኡ ውን ኣብ መበል 217 ሕቶ ከምዚ በለ÷ ብዛዕባ እቲ ሓደ ብዛዕባኡ እዚ ክብር'ዚ ብጸጋ ከምዝተዋህቦ እንተ ደኣ ተዛሪቦም ፈጺሙ ብቀጽሪ ሓደ ኣይበሃልን እዩ። ኣቐዲመ ከምቲ ዝበልኩዎ እዚስ እቲ ሓደ ምስቲ ካልእ ከምዘሎ እዩ እምበር።
፲፭ ወዓዲሆሙ እሙንቱ ይከሥትዎ ከመ ውእቱ ፪ቱ ወኢይትዔረዩ በህላዌሆሙ እመሰ ዘተውህቦ ክብር ይቴሐት እምነ ዘወህቦ ይንግሩነ እንከ እለ ይትአመኑ ፪ተ መኑ እምኔሆሙ ዘረከበ ክብር መንበር ዘለዓለም ወነበረ በየማነ አብ ወዝንቱ ግብር ሕፁፅ ወምሉእ እምነ ርስዓት።መዝ ፶፭(፶፬)፡፯።ዕብ ፩፡፪-፲።	15 ንሱ ክልተ ከም ዝኾነ፡ ትስብእትን መለኮትን ውን ብባህሪኡም ሓደ ከምዘይኮኑ ንሳቶም ደጋጊሞም ገሊጾም ይዛረቡ ኣለዉ። እቲ ክብሪ ዝተዋህበ ካብቲ ወሃቢ ዝንእስ ካብ ኮነ፡ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኢሎም ዝኣምኑ እስኪ ንሳቶም ይንገሩና። ካብ ክልቲኦም እቲ ዘይኃልፍ ክብሪ ጐይትነት ዝረኸበን ምስ **አብ** ማዕረ ዝተቐመጠን ኣየናዮም እዩ፡ እዚ ዘይግባእን ስንፍና ዝመልኣን ተራ ኣዘራርባ እዩ። መዝ 45(44)፡7, ዕብ 1፡2-10።
፲፮ ቦኑ ይትኀበሉ ያልዕልዎ ለገብር ከመ እግዚእ ኀበ ዝንቱ ክብር በተዓርዮ ምስሊሁ ወቦኑ ይትዔረይ ፍጡር ምስለ ፈጣሪ ወዘውእቱ መትሕተ አርዑተ ግብርናት ምስለ ዘይመልክ ኮሎ ወዘሂ ይፈቅድ ይኩን ፍጹመ በኮሎ ግብር አኮኑ ይትዔረይ ምስለ መፈጽመ ኮሎ ግብራት።	16 ንግዙእ ከም ገዛኢ ጌሮም፡ ብኽብሪ ኣምላኽነት ምስኡ ብማዕረ ንነኽብርዎ ብሓቂ ይደፍሩዶ ይኾኑ፡ ፍጡር ምስ ፈጣሪ፡ ኣርዑት ባርነት ዝተጻዕኖ ባርያ ምስቲ ንኹሉ ዝገዝእ፡ እቲ ብኹሉ ሥራሕ ፍጹም ክኸውን ዝደሊ ምስቲ ንኹሎም ፍጡራን ፍጹም ዝገብር ፈጣሪ ብሓቂ ይመዓራረ ዶ ድዩ፡
፲፯ ወበጎበኤነ ለርቱዓነ ሃይማኖት ጥዩቅ ውእቱ እንበለ ኑፋቄ ከመ ፩ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ዘነበረ በየማነ አብ።	17 በቶም ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኢልና እነኣምን ብኣና ግና÷ እቲ ማዕረ **አብ** ዝተቐመጠ **ወልድ** ዋሕድ፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ጥርጥር ዘይብሉ ሓቂ እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፎ፰	ዘቂርሎስ ም. 78
ምዕራፍ ፎ፰ ክፍል ፵፰	**ምዕራፍ 78 ክፍሊ 48**
፩ መልእክተ ቅዱስ ቂርሎስ ጎበ ሶክሲስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ዳና ዘቂሳርያ ዘእንሱርያ አውሥኦተ መልእክቱ።	1 ቅዱስ ቂርሎስ፥ ነቲ ኣብ ዞባ እንሱርያ ኣብ ቂሳርያ ኣትርከብ ሃገረ ዳና ኤጲስቆጶስ ዝተሾመ ናብ ሶክሲስ መልሲ መልእኽቱ ዝጸሓፎ መልእኽቲ እዚ እዩ።
፪ ይቤ አንበብኩ መጻሕፍተ ዘፈነዎሙ ቅድሳቲከ ጎቤየ ወተፈሣሕኩ አእሚርየ እስመ ብከ ክሂል ከመ ትምርሐነ ምስለ ካልኣን ወእምብዝኀ አፍቅሮትከ ለምህሮ ፈቀድከ ትዛዋዕ ምስሌነ በመል እክትከ ወንሕነኒ ንጽሕፍ ለከ ዘሀሎ ውስተ ልብከ ወእምነትነሂ ርትዕት ይእቲ ። ዕብ ፲፩፡፩።	2 ቅዱስነትካ ናባይ ዝለኣኽካዮም መጻሕፍቲ ኣንቢበዮም። ምስ ካልኦት መምህራን ክትምህረና ከምዝከኣለካ ፈሊጠ ተሓጐስኩ። ካብቲ ኣብ ምህሮ ዘለካ ብዝኀኒ ፍቕሪ ዝተላዕለ በቲ ዝጸሓፍካዮ መልእኽትኻ ምሳና ክትዘራረብ ፈተኻ። ንሕና ውን ነቲ ኣብ ልብኻ ዘሎ ክንጽሕፈልካ ኢና። ሃይማኖትና ውን ቅንዕቲ እያ። ዕብ 11፡1።
፫ ንሕነሰ ነአምን በእንተ ሥርዓተ መድኃኒነ ዘከመ እምነተ አበዊነ ቀደምት እስመ ሶበ አንበብነ መጻሕፍተ እልክቱ ሠራዕነ አልባቢነ ዘከመ ምክሮሙ ከመ ንትሉ አሠረ ዚአሆሙ ወኢናብእ ዲበ ሃይማኖት ርትዕት ምንትኒ ካልአ እስመ ፍጽምናከ ይሴአለነ እንዘ ይብል ይደሉኑ ይትበሀል ከመ እግዚእነ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት ወሚመ አልቦ ወአነኒ ሐለይኩ በከመ ይደልወኒ አውሥእ በእንተ ዝንቱ ።	3 ከምቲ እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ምኻኑ ዝኣመኑ ንሕና ውን ንኣምን ኢና። ነዘን መጻሕፍቲ እዚኣተን ኣብ ዘንበብናሉ ጊዜ፣ ከምቲ ዝመሃሩና ኣሰሮም ከም እንስዕብ፣ ኣብ ልዕሊ እዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትና ውን ካልእ ዝኾነ ከይንውስኽ ብልብና ወሲንና ኢና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ክበሃል ይግባእዶ እዩ ወይስ ኣይግባእን፡ ኢሉ ፍጹም ሰብነትከ ይሓተና። ኣነ ኸኣ ብዛዕባ'ዚ ክምልሰልካ ከምዝግብኣኒ ፈለጥኩ።
፬ ወሀሎ ፩ዱ ድውይ ዘይሰመይ ድያድርስ እምእለ ይትቃረንዎ ለመንፈስ ቅዱስ በዘከመዝ መዋዕል ተብህለ ከመ ውእቱ ተሳተፈ ጉባኤሆሙ ለምእመናን ሐልዮ ያእትት እምኔሆሙ ርኵሰተ ፍልጠ ቶሙ ለመቅዶንዮሳውያን ወለሊሁኒ ዓዲ ወድቀ በካልእ ደዌ ሐለየ ወጸሐፈ ከመ ካልእ ውእቱ ወልድ በህላዌሁ ዘወለደቶ ድንግል እምዘርአ ዳዊት ወካልእ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር አብ እምኔሁ ቦቱ።	4 ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ጊዜ፣ ካብቶም ንመንፈስ ቅዱስ ዝቃወሙ ሰባት ዝኾነ ብክሕደት ዝሓመመ ድያድርስ ዝበሃል ሰብ ነበረ። ነታ እተጸይፍ ናይ መቅዶንዮ ሳውያን ሃይማኖት ካብኣም ዝርሕቐ መሲሉ ኣብ ጉባኤ ምእመናን ከም ዝተረኽበ ይንገር። ግና ንሱ ባዕሉ ኣብ ካልእ ክሕደት ወደቐ፥ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝኾነት ድንግል ዝወለደቶ ወልድ ብባህሪኡ ካብ ቃል ፍሉይ ከምዝኾነ፣ ቃል እግዚኣብሔር **ኣብ** ውን ብሥጋ ብገንዘቡ ፍሉይ ከምዝኾነ ሓሲቡ ጸሓፈ።
፭ ወንብኦ ለተኮላ በአልባሰ አባግዕ ሐልዮ ከመ ለሊሁ ይብል እስመ	5 ‹ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ› ዝብል መሲሉ፣ ነቲ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፹	ዘቂርሎስ ም. 78
እግዚእነ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ወያበጽሕ በስመ ወልድ በእንተ ወልድ ዋሕድ ዘወለዶ አብ ወዓዲ ይሰምዮ ለዘእምዘርአ ዳዊት ወልድ ዘበጸጋ ወበጸጋ ኮነ ፩ደ ምስለ ወልድ በህላዌ ወኢይቤ ከመ ውእቱ ተዋሐደ ዘከመ ንብል ንሕነ አላ ዘከመ ስብሐት ወክብር ወሀብት ባሕቲቱ።	ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝብል ሓደ ብምባል ሠወሮ። ‹ወልድ› ምባል ነቲ አብ ዝወለዶ ንወልድ ዋሕድ ሂቡ ይዛረብ። ደጊሙ ኸኣ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝተወልደ ናይ ጸጋ ወዲ ይብሎ። ብባህርይ ምስ ዝተወልደ ወልድ ብጸጋ ሓደ ኮነ ይብሎ። ከምቲ ንሕና ንብሎ ንሱ ተዋሕዶ ኣይብልን እዩ። ብጐይትነትን ኽብርን ህያብን ጥራይ ሓደ ከምዝኾነ ደኣ ይዛረብ።
፪ ወንስጥሮስኒ ኮነ ረድኦ ለዝንቱ ረኪቦ ምክንያተ እመጻሕፍተ ዝኩቱ ወውእቱሂ ይቤ ከመ ዘየአምን በእግዚእነ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ፩ዱ ወልድ ወእግዚእ ወእምዝ ይከፍሎ ለዋሕድ ዘኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ይብል ከመ ብእሲ ተራከበ ምስለ እግዚአብሔር ቃል በስም ወክብር ወስብሐት ባሕቲቱ ወከፈለ ለግሙራ ቃለ ወንጌል ወስብከተ ሐዋርያት ዘተነግረ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።ዮሐ ፩፡፩-፲፰።፲፡፴። ፲፬፡፱።	6 ንስጥሮስ ውን ካብ መጻሕፍቲ ድያድርስ ምኽንያት ረኪቡ፡ ንእኡ ንድያድርስ ወደ መዝሙሩ ኮነ። ንሱ ውን ‹ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወልድን ሓደ ጐይታን› ኢሉ ከምዝአምን ተዛረበ። ብድጎር'ዚ ኸኣ ነቲ ሓደ ዘይክፈል ናብ ክልተ ይኸፍሎ እሞ፡ ሥጋ ምስ እግዚኣብሔር ቃል ብስም ብኽብሪ ብጐይትነት ጥራይ ሓደ እዩ ይብል። ነቲ ቃል ወንጌልን ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተነግረ ቃል ሓዋርያትን ፈላለዮ። ዮሓ 1፡1-18። 10፡30።14፡9።
፫ ወይብል ቦ ዘይትነገር በእንተ ብእሲ ወያጤይቅ ዘትስብእት ወቦ ካልእ ዘይደሉ በእንተ እግዚአብሔር ቃል ባሕቲቱ ወይከሥት ዘመለኮት ወበብዙኅ መክፈልት ይፈልጦ ለትስብእት ዘወለደቶ ድንግል ቅድስት ለፈ ወለወልድ ቃል ዘውእቱ እምእግዚ አብሔር አብ ወበእንተዝ ኢይሰምይዋ ለድንግል ቅድስት ወላዲተ እግዚአብሔር አላ ወላዲተ ሰብእ።	7 ብዛዕባ ሰብ ዝንገር ነገረ ትስብእት ዘረድእ ኣሎ። ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል ጥራይ ክንገር ዝግባእ ነገረ ኣምላኽነት ዘረድእ ውን ኣሎ ይብል። ብብዙኅ ሸነኽ ነቲ ቅድስት ድንግል ዝወለደቶ ሰብ እዩ ብምባል ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ይፈልዮ። ነቲ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተረኽበ ድማ ወልድ ቃል ብምባል ናብ ሓደ ወገን ንበይኑ ይፈልዮ። ስለዚ ንቅድስት ድንግል ወላዲት ሰብ ይብልዋ እምበር ወላዲት እግዚኣብሔር ኣይብልዋን ይብል።
፬ ወለነሰ አኮ ከመዝ እምነትነ ትምህርትነሰ እምነ መጻሕፍት ቅዱሳት ወአበዊነ ቅዱሳን ከመዝ ውእቱ ነአምን በ፩ዱ ወልድ ወበ፩ዱ ክርስቶስ ወበ፩ዱ እግዚእ ዘውእቱ ቃል ዘተወልደ እምህላዌሁ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ዘከመ ይደሉ ለመለኮት ዘኢይትረከብ።	8 ናትና እምነት ግና ከምዚ ኣይኮነን። ካብ ቅዱሳት መጻሕፍትን ካብ ቅዱሳን ኣቦታትናን ዝረኸብናዮ ትምህርትናስ እዚ እዩ፥ ሓደ ወልድ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ኢልና ንኣምን። ንሱ ድማ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተወልደ ቃል እዩ። ከምቲ ንዘይምርመር መለኮት ዝግባእ፡ ቅድሚ ኵሉ ዓለም ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ዝተወልዶ ልደት ውን ዘይምርመር እዩ።

ዘቄርሎስ ም. ፹፰	ዘቄርሎስ ም. 78
፱ ወዓዲ ሎቱ በደኃሪ መዋዕል ድንግል ቅድስት በሥጋ ወለደቶ ለእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ በእንቲአነ ወበእንተዝ ንሰምያ ለቅድስት ድንግል ወላዲተ አምላክ ፩ዱ ውእቱ ወልድ ወ፩ዱ ውእቱ ክርስቶስ እምቅድመ ይሠገው ወእምድኅረ ተሠገወሂ ወአኮ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ካልእ ወካልእ ወልድ ዘውእቱ እምቅድስት ድንግል አላ ውእቱ ዝንቱ ፩ዱ ዋሕድ ዘነአምን ቦቱ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወተወልደ እምብእሲት በሥጋ።	9 ዳግማይ በቲ ዳኅራይ ዘመን ቅድስት ድንግል ንእኡ ብሥጋ ወለደቶ። ምእንታና ሰብ ንዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ወለደቶ። ስለዚ ንቅድስት ድንግል ወላዲት አምላኽ ንብላ። ሰብ ቅድሚ ምኳኑን ሰብ ድኅሪ ምኳኑን ሓደ ወልድ ሓደ ክርስቶስ እዩ። ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረኽበ ቃል ካልእ አይኮነን። ካብ ቅድስት ድንግል ዝተወልደ ውን ካልእ አይኮነን። እነኣምኖ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ካብ ድንግል ውን ብሥጋ ዝተወልደ እዚ ሓደ ወልድ እዩ እምበር ።
፲ አልቦቱ ጥንት ለመለኮት ወኢንቤ ከመ ውእቱ ጸንዐ እንበይነ ዘእምድንግል ቅድስት ወፈድፋደሰ በከመ እቤ እስመ ቃል ዘህልው እምቅድመ ዓለም ለሊሁ ተወልደ በሥጋ እምኔሃ ከመ ሥጋ ኮሉ ፩ዱ ፩ዱ እምኔነ።	10 ንመለኮት ጥንቲ የብሉን። ካብ ቅድስት ድንግል ስለዝተወልደ ምርካቡ (ጥንቱ) ካብዚ ንደኃር እዩ ኣይንብልን። ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ ቅድሚ ዓለም ዝነበረ ቃል ንሱ ካባና ከም ነፍስ ወከፍ ኮሉ ሰብ ብሥጋ ካብኣ ተወሊዱ እዩ።
፲፩ ወሶበሂ ንብል ከመዝ ያበጽሑ ላዕሌነ ዕልወተ አቡሊናርዮስ እንዘ ይብሉ እመሰ ትብሉ ከመ ፩ዱ ውእቱ በእሙን ተዋሕዶ ወ፩ዱ ውእቱ ወልድ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ ቦኑ ቃል ተቶስሐ ምስለ ሥጋ አው ተመይጠ ህላዌሁ ለትስብእት ኀበ ህላዌ መለኮት።	11 ከምዚ እንተበልና ውን÷ብሓቀኛ ተዋሕዶ ሓደ ከምዝኾነ ካብ ተዛረብኩም፡ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረኽበ ቃል ወልድ ውን ሓደ እዩ ካብ በልኩም፡ ብሓቂ ቃል ምስ ሥጋ ተሓዋዊሱ ድዩ፡ ወይሲ ባህርየ ሥጋ ናብ ባህርየ መለኮት ተለዊጡ ድዩ፡ እናበሉ ናይ ኣቡሊናርዮስ ክሕደት ኀዝኩም ኢኹም ይብሉና።
፲፪ ወበእንተዝ ናእትት እምኔነ በጥበብ ነውሮሙ ወንበል እስመ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ በዘኢነአምር ወኢንክል ተናግሮቶ ረሰየ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት አሐደ ምስሌሁ ወተወልደ እምብእሲት ወኮነ ከማነ እንዘ ኢይትዌለጥ እምህላዌሁ ወፈድፋደሰ በፈቃደ ሥርዓቱ ሠምረ ይኩን ሰብአ ወኢተአተተ እምኔሁ ህላዌ መለኮቱ።	12 ስለዚ ኣብ ሃይማኖት ጸኒዕና ነዚ ክሕደቶም ነርሕቆ። ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረኽበ ቃል፡ በቲ ክንዛረቦን ኀኽንምርምሮን ዘይኽእል ምሥጢር፡ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከም ዝገበረ፣ ካብ ድንግል ውን ከምዝተወልደን ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ከማና ሰብ ከም ዝኾነን ንዛረብ። ፈትዩ ብዝገበሮ ተዋሕዶ ውን ፍጹም ሰብ ኮነ። ሰብ ብምኳኑ ባህርየ መለኮቱ ኣይተለወጠን።
፲፫ ወለእመኒ ተዋረደ ኀበ ዐቅመ ዚአነ ወለብሰ አርአያ ገብር ከማሁ ዓዲ ለሊሁ ህልው በልዕልና መለኮቱ	13 ዋላ እኳ ተዋሪዱ፡ ብሓፂር ቁመት ብጸቢብ ደረት እንተ ተወሰነን ናይ ግዙእ ባህርይ እንተ ወሰደን፡ ንሱ ከምቲ ናይ ቅድም ብልዑል ጐይትነቱ በቲ

ዘቄርሎስ ም. ፎ፷	ዘቄርሎስ ም. 78
ወህላዌ ምልክናሁ ወንሕነኒ ንብል በእንተ ቃል ዘውእቱ እምእግዚአ ብሔር አብ ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋሁ ቅዱስ ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት በዘኢይትነገር ወበዘኢይትአመር ኢተቶ ስሐ ወኢተመይጠ ወኢተወለጠ።	ገዛኢ ባህሪኡ ጸኒዑ እዩ ዝነብር። ንሕና ውን ቃል ካብ እግዚአብሔር አብ ስለዝተረኽበ፡ ብዘይፍለጥ ተዋሕዶ ውን ምስቲ ለባዊት ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ ሓደ ስለዝኾነ ኣይተሓዋወሰን ኣይተናወጸን ኣይተለወጠን ንብል።
፲፬ ነአምን በፅዱ ወልድ ወበፅዱ እግዚእ እንዘ አሐዱ ውእቱ ለሊሁ እግዚአ ብሔር ወሰብእ ወአኮ ውእቱ ፅዱ ምስለ ካልእ አላ ፅዱ ውእቱ ባሕቲቱ ለሊሁ ህልው ወይገብር ዘንተ ወዝክተ ወብዙኅ ጊዜያተ ይትናገር ከመዝ ሰብእ ዘከመ ሥርዓት ወብዙኅ ጊዜያተ ከመ አምላክ ዘከመ ሥልጣነ መለኮት። ዮሐ ፬፡፮-፳፫። ፲፡፴።	14 ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ ኢልና ንኣምን። ንሱ ሓደ ክኸውን ከለሎ ኣምላኽን ሰብን እዩ። ንበይኑ ጸኒዑ ዝነብር ንሱ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ እምበር እቲ ሓደ ምስቲ ካልእ ከምዝነብር ኣይኮነን። ናይ ኣምላኽነትን፡ ናይ ሰብነትን ሥራሕ ይሠርሕ። ሰብ ብምኻኑ ናይ ሰብ ምኻኑ ነገር ደጋጊሙ ይዛረብ። ኣምላኽ ብምኻኑ ድማ ከምቲ ሥልጣን ጐይትነቱ ዝግባእ ደጋጊሙ ይዛረብ።ዮሓ 4፡6-23። 10፡30።
፲፭ ወንሕነኒ ዓዲ ንብል ዘንተ ወዝክተ ወንሴአል ወነሐትት በጥበብ በእንተ ምሳሌ ምሥጢራተ ሥርዓት ሥጋዊ እስመ ቃል ሰማያዊ ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ ሶበ ኮነ ሰብአ ወተሠገወ ኢፈጠረ ሎቱ ውእተ ሥጋ ንጹሐ እምህላዌ መለኮት አላ ነሥአ እማርያም ድንግል ።	15 ንሕና ድማ ናይ ሰብነቱን ናይ ኣምላኽነቱን ነገር ንዛረብ ኣለና። ብዛዕባ እታ ሰብ ብምኻኑ ዝተፈጸመት ናይ ምሥጢረ ተዋሕዶ ምሳሌ ብፍልጠት መርሚርና ንዛረብ ኣለና። ካብ እግዚአብሔር አብ ዝተረኽበ ሰማያዊ ቃል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ፡ ኑቲ ንጹሕ ሥጋ ንክዋሓዶ ካብ ድንግል ማርያም ደኣ ወሰደ እምበር ካብ ባህርየ መለኮት ኣይፈጠረን።
፲፮ ወእመ አኮ እፎመ እምኮነ ሰብአ ዘእንበለ ዳእሙ በነሢአቱ ሥጋ እንለ እመሕያዊ ወተዋሕዶቱ ቦቱ ገብረ በአርአያ ሰብእ በጎበረተ ፪ቱ ህላዌያት በተዋሕዶ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢቱሳሔ ወኢውላጤ እስመ ሥጋ ሥጋ ውእቱ ወአኮ መለኮት ወለእመሂ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሥጋ ወቃልሰ ዓዲሁ አምላክ ውእቱ ወአኮ ሥጋ ወለእመሂ ረሰየ ሎቱ ሥጋ በሥርዓት ወበዝኒ ዓዲ ኢይትነከይ በምንትኒ እምነ ተዋሕዶ ።	16 ሥጋ ሰብ ወሲዱ ስለዝተዋሓደ እዩ እምበር፡ ሥጋ እንተ ዘይወስድ ከኣ እሞ ከመይ ኢሉ ሰብ ምኾነ ነይሩ፡ ነፍስን ሥጋን ምውሕሓዱ ውን ምልዋጥ ምትሕ ውዋስ ምፍልላይ ብዘይብሉ ተዋሕዶ፡ ናይ ክልተ ባህርያት ሓድነት ከም ተዋሕዶ ነፍስን ሥጋን ገበረ። ሥጋ፡ ሥጋ እዩ እምበር መለኮት ኣይኮነን። ዋላ እኳ እግዚአብሔር ቃል ሥጋ እንተኾነ ሕጂ ውን ቃል ኣምላኽ እዩ። ተለዊጡ ሥጋ ዝኾነ ኣይኮነን። ብተዋሕዶ እኳ ሥጋ ንርእሱ ገንዘብ እንተገበረ በዚ ካብ ተዋሕዶ ብምንም ዓይነት ኣይናወጽንዩ ።
፲፯ ወለእመኒ ንቤ እስመ ፪ቱ ህላዌያት ኀብሩ በከዊነ ፅዱ ህላዌ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢንፈልጦሙ በበይናቲሆሙ	17 ክልተ ባህርያት ‹ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ› ብምኻን ሓደ ኾኑ እንተ በልና ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ነንበይናቶም ጌርና ኣይን ፈላልዮምን ኢና። ኑቲ ሓደ ዘይክፈል

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
ወኢንከፍሎ ለዋሕድ ለዘኢይትከፈል ከመ ንረስዮ ፪ቱ አላ ንብል ከመ ውእቱ ፩ዱ ወልድ ዋሕድ በከመ ይቤሉ አበዊነ ከመ ቃል ዘተሠገወ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ። ሉቃ ፩፡፩-፬። ፩ ዮሐ ፩፡፩-፭።	ክልተ ንኽንገብሮ ኣይንኸፍሎን ኢና። ሓደ ወልድ ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ እምበር፡ ከምቲ ኣቦታትና ‘ሥጋ ዝወሰደ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ’ ዝበሉ እዮ። ሉቃ 1፡1-4። 1ይ ዮሓ 1፡1-5።
፲፰ ወበአምጣነ ንሔሊ በአልባቢነ ወንሬኢ በአዕይንተ ነፍሳቲነ አምሳለ ሥጋዌሁ ለዋሕድ ንብል እስመ ፪ቱ ህላዌያት ኀብሩ በተዋሕዶ ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ ቃለ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ወተሠገወ ።	18 ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ፡ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ብልብና ከም እንፈልጦ፡ ብዓይኒ ነፍስና ውን እንርእዮ መጠን፡ ክልተ ባህርያት ብተዋሕዶ ሓደ ኾይኖም እዮም እሞ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ሓደ ወልድ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ሓደ እግዚኣብሔር ቃል እዩ ንብል።
፲፱ ወእመሰ ይረትዕ ለከ ንሜስል አምሳሊነ ለነ ለእጓለ እመ ሕያው እስመ ንሕነ ፍጡራን እምነፍስ ወሥጋ ወኢንሬሲ ፪ቱ ህላዌያተ ፩ደ ዘሥጋ ወ፩ደ ዘነፍስ አላ ፩ዱ ውእቱ ብእሲ በተዋሕዶቱ እም፪ቱ ወኢይትበሀሉ ፪ተ ዕደወ በክዊኖቱ እም፪ተ ህላዌያት አላ ፩ዱ ውእቱ ብእሲ ዘኮነ እምነፍስ ወሥጋ።	19 ዝርድኣካ እንተኾይኑስ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ብናትና ነፍስን ሥጋን ተዋሕዶ መሲልና ክንነግረካ ኢና። ንሕና ብነፍስን ብሥጋን ዝተፈጠርና ኢና እሞ፡ እቲ ሓደ ናይ ሥጋ እቲ ካልእ ድማ ናይ ነፍሲ ኢልና ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይንገብርን ኢና። ሰብ ካብ ክልተ፡ ሓደ ስለዝኾነ ሓደ እዩ እምበር። ብነፍስን ብሥጋን ዝተፈጥረ ሰብ ሓደ እዩ እምበር ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ስለዝኾነ ክልተ ሰብ ኣይበሃልን እዩ።
፳ ወእመ ንሬኢ ዘንተ ነአምር ከመ እግዚእ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ ህላዌያት እለ ኢያጎብሩ በበይናቲሆሙ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢይትፈለጡ ወህለዎሙ ይበሉነ ተቃራንያነ ሃይማኖት ርትዕት እመሰ ኮነ ኵለንታሁ ፩ደ ህላዌ ዘኮነ ሰብአ እፎ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ ባሕቲቱ ወከመዝ ነገረ ረከብኩ ውስተ መልእክትከ ዘይብል ቦኑ እምድኅረ ትንሣኤሁ እሙታን ተመይጠ ሥጋሁ ንጹሕ ለመድኃኒነ ኀበ ህላዌ መለኮቱ እስከ ኮነ ኵለንታሁ መለኮተ።	20 ነዚ እንተፈለጥና፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ተዋሕዶ ነፍስ ወከፎም ሓደ ዘይነበሩ፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ዘይፈላለዩ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጥ። እቶም ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዝቃወሙ ሰባት ‘ኵለንትናኡ ሰብ ዝኾነ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እንተደኣ ኾይኑ፡ ነቲ ናቱ ዝገበሮ ሥጋ ከመይ ጌሩ ፈጠሮ፡ ይብሉና። ኣብ መልእኽትኻ ውን፡ ድኅሪ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ምትንሣኡ፡ ናይ መድኃኒና ንጹሕ ሥጋኡ ክሳዕ መለኮት ጥራይ ምኻን በጺሑ ብሓቂ ናብ ባህርየ መለኮት ተለዊጡ ድዩ፡ ዝብል ረኺበ ኣለኹ።
፳፩ ወሊተሂ ይደልወኒ እጽሐፍ ለከ በእንተ ዝንቱ ዘይቤ ብፁዕ ጳውሎስ ሐዋርያ በመጽሐፉ እንዘ ይሜህረነ ምክንያተ ሥጋሁ ለወልደ	21 ስለዚ ኣነ ውን ነቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ሰብ ናይ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ንከረድኣና ኣብ መጽሓፉ ዝበሎ ክጽሕፈልካ ይግብኣኒ እዩ።

ዘቄርሎስ ም. ፎቯ	ዘቄርሎስ ም. 78
እግዚአብሔር ዋሕድ ይቤ እስመ በእንተ ድካመ ሕግ ዘደክመ በዝንቱ ሥጋ ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ በአርአያ ሥጋ ኃጢአት በእንተ ኃጢአት ወነጽሐ ለኃጢአት ውስተ ኮነኔ በሥጋሁ ከመ ይኩን ሥርዓተ ሕግ ርቱዐ ብነ ንሕነ እለ ኢነሐውር በሥጋ አላ በመንፈስ። ሮሜ ፰፡፫-፭።	እቲ በዚ ሥጋ'ዚ ዝተጣሕሰ ሕጊ ከድጎን ስለዘይከኣለ፡ ኃጢኣት ንምጥፋእ እግዚኣብሔር ንሓደ ወዱ ቡቲ ኃጢኣት ዝሰማምየ ዝነበረ ባህርየ ሥጋ ሰደዶ (ለኣኾ)። እዚ ኽኣ እቲ ዝሠርየ ሕጊ ኣባና ማለት ኣብቶም ብፍቕድ ነፍሲ እምበር፡ ብፍቕድ ሥጋ ዘይንነብር ቅኑዕ ምእንቲ ክኸውን፡ ብሥጋኡ ክሒሱ ንኃጢኣት ኣብ ፍርዲ ደርበየ በለ።
፭፪ ወካዕበ ይቤ ረሰዮሙ ለደቂቁ ከመ ይሳተፍዎ በሥጋሁ ወበደሙ ወውእቱኒ ከመ ቢጸሙ ኮነ ሎሙ ከመ በሞቱ ይሥዓሮ ለመልአከ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ወያዕርፎሙ ለኵሎሙ እለ ይፈርህዎ ለሞት በኵሉ ጊዜ ወያሕይዎሙ ለእለ እሙንቱ ድልዋን ለቅንያት ወለዘነሥኦ ኢነሥኦ እመላእክት አላ እምዘርአ አብርሃም ነሥኦ ወአንበይነ ዝንቱ ርቱዕ ይትመሰሎሙ ለአኃዊሁ በኵሉ ግብር ። ዕብ ፪፡፲፩-፲፯።	22 ከምኡ ውን እቶም ምእመናን ደቂ ብሥጋኡን ደሙን ከም ዝመስልዎ ገበሮም። ንሱ ድማ ኣቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ሥልጣን ዘለዎ ሰይጣን ፈጺሙ ኽኸጥፍእ፡ ነቶም ብፍርሃት ሞት ምሉእ ዘመኖም ዝነበሩ ኽኣ ንከዕርፎም፡ ነቶም ብባርነት ተታኒዞም ዝነበሩ ምእንቲ ከድጎኖም መሰሎም። እቲ ዝተዋሓዶ ባህርይ ውን ካብ ባህርየ ኣብርሃም ተዋሓደ እምበር ካብ ባህርየ መላእክቲ ኣይተዋሓደን። ምእንትዚ ድማ ነቶም ኣጎዋቲ ብኸኦሉ ሥራሑ ኽመስሎም ተገብኦ በለ። ዕብ 2፡11-17።
፭፫ ወንሕነሰ ንብል እስመ በዐሊዎቱ ለአዳም ማሰነ ህላዌሁ ለእንለ እመሕያው ወቀነየ አልባቢነ ነቀልቃለ ፍትወት ዘሥጋ ወበእንተዝ ደለዎ ይኩን ቃለ እግዚአብሔር ሰብአ ከመ ያድኅነነ ለነ እለ ህልዋነ ዲበ ምድር ወይሬሲ ሥጋሁ ለሰብእ ዘኮነ ለሙስና በአፍቅሮቱ ፍትወታተ ዘዚአሁ ሥጋ እስመ ሕይወት ወህቤ ሕይወት ውእቱ።	23 ንሕና ግና ከምዚ ንብል፡- ብናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ ባህርየ ሰብ ተጐዲኡን ስለዝነበረ፣ ብሥጋ ዝሥራሕ ዖር ፍትወት ኣብ ልብና ሠልጢኑን ስለዝነበረ፣ በዚ ምኽንያት እዚ ኣብዚ ዓለም'ዚ ንዘሎና ንኣና ንምድኃን፡ ብፍቕሪ ፍትወት ንጥፍኣት ኮይኑ ዝነበረ ሥጋ ሰብ ድማ ንርእሱ ሥጋ ኽኸገብሮ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ክኸውን ተገብኦ። ከመይ ሕይወት ዝህብ ሕይወት እዩ።
፭፬ ወአብጠለ ሙስና ዚአሁ ወገሠፀ ነቀልቃለ ህላዌ እንተ ትከውን እምአፍቅሮ ፍትወታት ወአኮ ዝ ለቃለ እግዚአብሔር ዋሕድ አላ ውእቱሰ ክሡት ከመ ህልው በዘዚአሁ በኵሉ ጊዜ ወሶበሂ ንሄሉ በእከየ ዕልወተ አዳም ዘእንበለ ዕቅፍት ይወርድ ላዕሌነ ሙስና ዘምስለ ሞተ ኃጢአት ወአመ ኮነ ሰብአ ኢተራከበ ምስለ ብእሲ በከመ ይቤ ንስጥሮስ አላ ነአምን ከመ ውእቱ ተሠገወ	24 ንፍዳ ኣጥፍኡ፡ ነታ ተሰማማዒ ፍቕድ ካብ ምፍታው እትመጽእ ዖር ፍትወት ኣጥፍኡ። እዚ ዝንገር ንሓደ እግዚኣብሔር ቃል ኣይኮነን። ንሱሲ ብኸኦሉ ጊዜ ብባህሪኡ ጸኒዑ ከምዝነበር ፍሉጥ እዩ። ብናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ ኣብ ዝመጸ ፍዳ ኣብ ዝነበርናሉ ጊዜ ውን ብዘይ ዕንቅፋት፡ ኃጢኣት ብዘምጽኦ ምስ ሞት ፈሪስካ በስቢስካ ምትራፍ ይመጸና ነበረ። ሰብ ምስ ኮነ ውን ከምቲ ንስጥሮስ ዝበሎ ብጎድረት ሰብ ኣይኮነን። ሰብ ከምዝኾነን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
ወነበረ በዘዚአሁ ህላዌ ርቱዐ አምላክ በህላዌሁ።	ብባህሪኡ ጸኒው ከምዝነብርን ደኣ ንኣምን።
፷፭ ወበእንተዝ ይትበሃል ከመ ውእቱ ርኅበ ወጸምአ ወደክመ በፍኖት ወኖመ ወተሀውከ ወተከዘ ወተወክፈ ሕማመ ዘአልቦ ነውር ከመ ያሥምር እለ ይፈእይዎ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ዘበአማን። ማቴ ፬፡፪። ፰፡፲፯-፳፫። ዮሐ ፬፡፮። ፲፪፡፳፯። ፲፱፡፳፰።	25 ‘ሰብ ስለዝኾነ ድማ ጠመየ ጸምአ መገዲ ብምኻድ ደኸመ ደቀሰ ኃዘነ ተከዘ ዕዳ በደል ዘይብሉ ንሱ መከራ ተቐበለ’ ተባሂሉ ይንገረሉ። ብሓቂ ሰብ ዝኾነ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ብዓይኒ ልቡና ንዝርእይዎ ምእንቲ ከሐጕስ እዩ። ማቴ 4፡2። 8፡17-27። ዮሓ 4፡6። 12፡27። 19፡28።
፷፮ ወገብረ ትእምርታተ መለኮት ወትስብእት ኀቡረ ገሠፀ ባሕረ ወአንሥአ ሙታነ ወገብረ ኵሎ መንክራተ ወእምዝ ተዐገሠ ሕማመ ዲበ ዕፀ መስቀል ወሞተ በሥጋ ወአኮ በህላዌ መለኮት ከመ ይኩን በዝኆረ ወአኮ በህላዌ መለኮት ከመ ይኩን በዝኆረ ልደት እምነ ምውታን ወያስተዳሉ ፍኖተ ለህላዌ እጓለ እመሕያው ኀበ ኢሙስና ወፂወወ ሲኦለ ወተሣሃለ ላዕለ ነፍሳት እለ ሙቁሓት ውስቴታ። ማር ፬፡፴፱-፵። ሉቃ ፯፡፲፪-፲፯። ዮሐ ፲፩፡፴፬-፵፱።	26 ብሓድነት ሥራሕ ኣምላኽነትን ሰብነትን ሓደ ጌሩ ሠርሐ።ንባሕሪ ኣህድኡ፡ ምዉታን ኣተንሥኡ፡ ኵሉ ተኣምራት ውን ገበረ። ብድኀርዚ ኣብ መስቀል መከራ ተቐበለ። ብሥጋ ውን ሞተ፡ ብባህርየ መለኮት ኣይኮነን። እዚ ኽኣ ካብ ምዉታን ተፈሊኻ ናይ ምትንሣእ ዝኾሪ ቀዳማይ ንምኻን፡ ናብ ዘይምፍራስን ዘይምብስባስን ንምኻድ፡ ንባህርየ ሰብ ትንሣኤ ኽኸዳሉ እዩ። ሲኦል ማረኸ፡ ነቶም ኣብኣ ተሓይሮም ዝነበሩ ነፍሳት ውን ኣድኃነ። ማር 4፡39-40። ሉቃ 7፡12-17። ዮሓ 11፡24-49።
፷፯ ወዝንቱ ሥጋ ዘሞተ ለሊሁ ዓዲ ተንሥአ ወእምድኅረ ተንሥአ ኢይረክቦ ድካመ እጓለ እመሕያው ወኢይትዌከፍ እንከ ሞተ ኢረኀበ ወኢጽምአ ወኢድካመ ወኢካልአ ግብረ ወኢዘይመስሎ ለዝንቱ።	27 እቲ ዝሞተ ሥጋ ንሱ ባዕሉ ቀልጢፉ ተንሥኡ። ድኀሪ ምትንሣኡ ንሰብ ዝሰማ ማዕ ድኻም ኣይረኽቦን እዩ። ድኀሪ ሕጂ ሞት ኣይጥዕምን እዩ፡ ዋላ ውን ጥሜት ጽምኢ ድኻም ኮነ ነዚ ዝመስል ካልእ።
፷፰ ወፈድፋደሰ ኮነ ዘእንበለ ሙስና ወአኮ ዝንቱ ባሕቲቱ አላ ኮነ ወሀቤ ሕይወት እስመ ሥጋ ዘዋሕድ ሕይወት ውእቱ ወይሴባሕ በስብሐተ መለኮት ወንሕነኒ ንሌቡ ከመ ሥጋ አምላክ ውእቱ ወበእንተዝ ኢይስሐት መኑሂ ይበል ከመ ውእቱ ሥጋ ሰብእ።	28 ብፍላይ ድማ ምልዋጥ ዘይብሉ ኮነ። ምልዋጥ ዘይብሉ ምኻኑ ጥራይ ዘይኮነስ ሕይወት ውን ዝዕድል ኮነ። ከመይ እቲ ኣካላዊ ቃል ዝተዋሓደ ሥጋ ሕይወት ስለ ዝኾነን ብኽብሪ ኣምላኽነት ስለዝግለጽን እዩ። ንሕና ውን ናይ ኣምላኽ ሥጋ ከም ዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ዝኾነ ሰብ፡ ‘ናይ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋ እዩ’ ብምባል ኣይጋገ።
፷፱ በእንተዝ አነሂ እሔሊ ከመ ጠቢብ ጳውሎስ ይቤ እስመ ንሕነ አእመር ናሁ ለክርስቶስ በሥጋ ወይእዜኒ	29 ስለዚ ኣነ ከምቲ ጥበበኛ ጳውሎስ ዝበሎ እዛረብ ኣሎኹ፥ ንሕናስ ንክርስቶስ ብሥጋ ፈሊጥናዮ ነበርና፡ ካብ ሕጂ ንደኃር ግና ሥጋ

ዘቄርሎስ ም. ፎ፷	ዘቄርሎስ ም. 78
ኢነአምሮ በምንትኒ ዘእንበለ በከመ እቤ ከመ ውእቱ ሥጋ አምላክ ወተለዐለ ፈድፋደ እምኵሉ ግብር ዘእንለ እመሕያው ወአኮ ሠናይ ይትበሃል ከመ ሥጋ ምድራዊ በጽሐ ኀበ ህላዌ መለኮት በውላጤ እስመ ዝንቱ ዕፁብ ከመ ይኩን ።	ኣምላኽ እዩ። ካብ ኵሉ ሥራሕ ሰብ ፈጺሙ ርሒቑ እዩ ከምዝበልክዎ፣ ካብዚ ወጻኢ ግና ብዝኾነ ካልእ ኣይንፈልጠን ኢና። ካብ ምድሪ ዝተረክበ ሥጋ ተለዊጡ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን በጽሐ ክበሃል ኣይግባእን እዩ። ከመይ እዚ ክኸውን ጭንቂ ስለዝኾነ።
፴ ወእመ አኮሰ ይከውን ከመ ዘንቤ ተወሰከ ዲበ መለኮት ዘኢህላዌሁ እንዘ ውእቱ ፩ዱ በግብር ዕሩይ በበይናቲሁ ወኢይትበሀል ከመ ሥጋ ተመይጠ ኀበ ህላዌ መለኮት ወኢቃል ተመይጠ ኀበ ህላዌ ትስብእት ወበከመ የዐቢ ከመ ይትመየጥ ወይትወለጥ መለኮት ከማሁ ዓዲ ኢይደሉ ይትወለጥ ምንትኒ እምነ ፍጡራን ኀበ ህላዌ መለኮት እስመ ሥጋ ፍጡር ወግቡር ውእቱ።	30 እንተ ዘይወሓድሲ፡- ‹ነንሓድሕዱ ብዝተ መዓራረየ ሥራሕ ሓደ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ባህርዩ ዘይኮነ መለኮት ተወሽኸ› ከምዝበልና እዩ ዝቕኣር። ‹ሥጋ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ተለወጠ ቃል ውን ናብ ባህርየ ሥጋ ምኻን ተለወጠ› ተባሂሉ ኣይንገርን እዩ። ከምቲ መለኮት ባህሪኡ ክገድፍ ኮነ ክልውጥ ዘይክእል ከምኡ ውን ሥጋ ፍጡር ግቡር እዩ እሞ ማንም ካብ ወገን ፍጡራን ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ክልወጥ ኣይክእልን እዩ።
፴፩ ወዓዲ ንቤ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ ክርስቶስ አምላክ ውእቱ እስመ ውእቱ ኮነ ሥጋ እግዚአብሔር ወይሴባሕ በስብሐት ዘኢይተረጐም ወለሊሁ ቅዱስ ኢማሳኒ ወሀቤ ሕይወት ለኵሉ ወተመ ይጠሰ ኀበ መለኮት ኢተአመነ መኑሂ እምአበዊነ ዘንተ ወንሕነኒ ዓዲ ኢንትአመን ከመዝ። መዝ ፻፪(፻፩)፡ ፳፭-፳፯ ። ዮሐ ፮፡፶-፶፰።	31 ከምኡ ውን ‹ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ እዩ› ንብል። ንሱ ሥጋ ኣምላኽ ኮይኑ እዩ'ሞ ብዘይምርመር ክብሪ ይግለጽ። ንሱ ንኵሉ ሕይወት ዝዕድል ዘይልወጥ ሕያው እዩ። ነዚ ‹ናብ መለኮት ምኻን ተለወጠ› ምባል፡ ሓደ እኳ ካብ ኣቦታትና ኣይኣመነን። ንሕና ውን ከምዚ ኢልና ኣይንኣምንን። መዝ 102(101)፡ 25-27። ዮሓ 6፡50-58።
፴፪ ወኢይኩን ቅድሳቲከ ኢማእመረ በዝንቱ እስመ አቡነ ብፁዕ አትናቴዎስ ዘተሠይመ ኤጲስ ቆጶሰ በእስክንድርያ በቀዳሚ መዋዕል በእንተ ሁከት ዘኮነ በመዋዕሊሁ ጸሐፈ መጽሐፈ መልእክት ኀበ አንክጢሶስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆሮንቶስ ዘምሉእ እምኵሉ ሃይማኖተ ርትዕተ።	32 ቅዱስነትካ ውን ነዚ ዘይፈልጥ ኣይኹን። ቡቲ ጊዜ እቲ ኣብ እስክንድርያ ኤጲስ ቆጶስ ዝተሾመ ኣቦና ቅዱስ ኣትናቴዎስ፡ ነቲ ኣብ ዘመኑ ዝተገብረ ጸብእን ክርክርን ናብ ናይ ቆሮንቶስ ኤጲስቆጶስ ኣንክጢሶስ ዝለኣኾ፡ ካብ ኵሉ ዝበልጽ ብዛዕባ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዘረድእ መጽሓፍ ጽሒፉ እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
፴፫ ወይእዜኒ ኮኑ እሉ ኵሎሙ እለ እጐዛን በሃይማኖት ርትዕት ይጌሥፅዎ ለንስጥሮስ በዛቲ መልእክት ወሶበ ያነብብዋ ያስተኀፍርዎሙ ለኵሎሙ እለ ይትአመኑ በንባበ ንስጥሮስ ወሶበ ፈነውዋ ሎሙ ለመልእክት ወአስተጋ ፈርዎሙ ባቲ ገብሩ ሎሙ ርስዓተ ዐላውያዊ ወነሥእዋ ለመጽሐፈ መልእክት ወአማሰንዋ እስመ ሶበ ትትነበብ ኮነት ታስተኀፍሮሙ ጥቀ። ፪ጴጥ ፫፥፲፮።	33 ሕጅ ድማ ኮሎም እቶም ብቅንዕቲ ሃይማኖት ዝጸንዑ፣ በዛ መልእኽቲ እዚኣ ንንስጥሮስ ይገሥፅዎ። ምስ ኣንበብዋ ውን ንኮሎም እቶም ብኣበሃህላ ንስጥሮስ ዝኣምኑ የኅፍርዎም። ነታ መልእኽቲ እቲኣ ውን ናብኣቶም ልኢኾም፣ ብእኣ መልሲ ምስ ከልእዎም ክሕደት ዘለዎ መጽሓፍ ጸሓፉ። እታ ካብ ኣትናቴዎስ ዝተላእከት መጽሓፍ ክትንበብ ከላ እምብዛ ተኀፍሮም ስለዝነበረት ተቐቢሎም ለወጥዋ። 2ይ ጴጥ 3፣16።
፴፬ ወእሙንቱሰ አእተቱ እምኔሃ ወወሰኩ ዲቤሃ እስከ ኮኑ የዋሃነ ይሔልዩ ከመ ዝንቱ አብ ትሩፍ ይትአመን ዘከመ እምነተ ንስጥሮስ ።	34 ንሳቶም ግና ነቲ ዝተጻሕፈ ፈሓቑዎ። ዘይነበረ ውን ወሰኹሉ። ክሳዕ እቶም ዓያሹ ሰባት እዚ ፍጹም ኣቦ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ከም ሃይማኖት ንስጥሮስ ዝኣመነ ዝመስሎም ኮነ።
፴፭ ወከመ ኢይስሐቱ ሰብእ እምእለ ይትመሀርዋ ለእንታክቲ መልእክት ሙስንት ንሕነ ንነሥእ መጽሐፈ መልእክት እንተ ተጽሕፈት እምኔሃ እንታክቲ መጽሐፈ መልእክት ሙስንት እንተ አማሰንዋ ዐላውያን ጠዋያን እምነ መጻሕፍት እንተ ሀለዋ ኀቤነ ወንፈንዋ ኀበ መልእክትክ አምላካዊ።	35 ነታ መናፍቓን ዝለወጥዋ መጽሓፍ ዘንብቡ ሰባት ምእንቲ ከይክሕዱ፣ ንሕና ነታ እቶም ዘይቅኑዓት ዓላውያን ዝለወጥዋ መጽሓፍ ዝተጻሕፈትላ መጽሓፍ ካባና ካብ ዘለዉ መጻሕፍቲ ቀዲሕና ኣምላኽ ናብ ዝሸመካ ናባኻ ንሰዳ ኣሎና።
፴፮ ወጳውሎስሂ ዓዲ ፈራሂ ወላእከ አምላክ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ሕምጽ ሶበ በጽሐ እስክንድርያ በእንተዝ ረከብነ መጽሐፈ መልእክት ኀቤሁ ወባሕቱ ሙስንት ይእቲ እምነ ዐላውያን ጠዋያን ወሶበ አንበበ መጽሐፈ መልእክት እንተ ኀቤነ እንተ ተጽሕፈት ቅድመ አስተብቀዐ ኀቤነ ከመ ንፈኑ መልእክተ ጽሒፈነ እምነ መጽሐፍ እንተ ኀቤነ ኀበ አንጾኪያ ወፈኖነ ሎሙ ።	36 ከምኡ ውን እቲ ንኣምላኽ ዘገልግልን ዝፈርህን ኣብ ሃገረ ሕምጽ ኤጲስ ቆጶስ ዝተሾመ ጳውሎስ በዚ ነገርዚ ኣብ እስክንድርያ ምስ በጽሐ፣ ካብኡ መጽሓፍ ረኸብና። ግና ጠማማት ዐላውያን ከምቲ ሃይማኖቶም ዝለወጥዋ ነበረት። ነታ ኣቐዲሙ ኣትናቴዎስ ናብ ኣንኪጢሶስ ጽሒፉ ልኢኽዋ ዝነበረትን ምሳና ዘላ መጽሓፍን ምስ ኣንበበ፣ ምሳና ካብ ዘላ መጽሓፍ ጽሒፍና ናብ ኣንጾኪያ ምእንቲ ክንሰድድ ለመነና። ጽሒፍና ድማ ለኣኽናሎም።

ዘቂርሎስ ም. ፸፰	ዘቂርሎስ ም. 78
፴፯ ወንሕነሰ በኵሉ ግብር ተላውያነ ሃይማኖቶሙ ለቅዱሳን ወናሁ ጸሐፍነ መጽሐፈ ዘይትቃረን ሃይማኖተ ንስጥሮስ ርኵስተ ወእለ ይትቃረኑ ክፍላተ ወፈነውነ ኀበ ፍርሃትከ ተለአኪ እንከ ለእግዚአብሔር።	37 ንሕና ግና ብኵሉ ሥራሕ፣ ንሃይማኖት ሓዋርያትን 318 ሊቃውንትን ጎዝና ኣሎና። ነታ እተጸይፍ ሃይማኖት ንስጥሮስ ዝቃወም መጽሓፍን፣ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝብል ዝቃወሙ ዓንቀጻትን ጽሒፍና ናባኻ ናብ ንእግዚኣብሔር ፈሪሕካ እተገልግል እንሆ ሰደድናዮ።
፴፰ ከመ ለእመቦ በውስተ አኀዊነ እለ እሙንቱ በዛቲ ሃይማኖት ምስሌነ ዘየሐምዩነ አው ይሔልዩ ብነ ከመ ንሕነ ተከዝነ በዘተናገርናሁ ወተቃወምናሁ ለንስጥሮስ ያንብቡ ዘንተ ወአእምሩ ከመ ንሕነ ገሠፅናሁ ሠናየ ወርቱዐ በእንተ ስሕተቱ ወንሕነ ይእዜ ጽኑዓን በዝ ግብር ወንትቃረን ዕልዎቶ በኵሉ ጊዜ ወቦቱ ለፍጽምናከ ክሂል ብዙኀ ከመ ትበቍዓነ ወትጽሐፍ ኀቤነ ወትጸሊ ላዕሌነ።	38 ካብቶም በዛ ሃይማኖት እዚኣ ምሳና ሓደ ዝኾኑ ኣኀዋትና ዝነቐፉና ወይ ቡቲ ንንስጥሮስ ዘውገዝናሉን ዝተቃወምናዮን ነገር ጽቡቕ ኣይገበርናን ኢልና ከም እንታዝን ጌሮም ዝጥርጥሩና እንተ ደኣ ሃልዮም፣ ነዚ ኣንቢቦም ንሕና ቡቲ ክሕደቱ ብዝግባእ ቀኒዕና ኣውጊዝና ከም ዝፈለናዮ ይፍለጡ። ሕጅ ውን ንሕና በዚ ውግዘት'ዚ ጸኒዕና ኣሎና። ነቲ ክሕደቱ ውን ኵሉ ጊዜ ንቃወም ኢና። ብብዙኅ ወገን ንክትጠቕመናን ንክትጽሕፈልናን ንክትጽልየልናን፣ እቲ ብፍልጠትን ሃይማኖትን ፍጹም ዝኾነ ሰብነትካ ይከኣሎ እዩ።
ክፍል ፸፱	**ክፍሊ 49**
፴፱ መልእክት ዳግም እምኀበ ዝንቱ ጠቢብ አባ ቄርሎስ ኀበ አብ ሶክደሲስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቂሳርያ ዘእንስርያ ።	39 ካብዚ ፈላጥ ኣባ ቄርሎስ ናብ ናይ እንሱርያ ዞባ ዝኾነት ቂሳርያ ኤጲስቆጶስ ዝኾነ ኣባ ሶክሲስ ዳግማይ ዝተላእከ መልእኽቲ እዚ እዩ።
፵ ሀለዎ ያስተርኢ ጽድቅ ለፍቁራኒሁ ወያዔውቅ ከመ እሙንቱ ድልዋን ይርአይዎ በአዕይንት ብሩሃት እስመ እለ ያፈቅሩ ሃይማኖተ ይሴአሉ በእንተ እግዚአብሔር በየውሃተ አልባቢሆሙ ንጽሕት።	40 ነቶም ሃይማኖት ዝፈትዉ ይግለጽ እዩ። ብብሩህ ዓይነ ልቡና ውን ንክርእይዎ ብቑዓት ከም ዝኾኑ የረድእ። ምክንያቱ እቶም ሃይማኖት ዝፈትዉ ሰባት በታ ንጽሕቲ ቅንዕቲ ልቦም ነገረ እግዚኣብሔር ይምርምሩ እዮም።
፵፩ ወለእኩያን ሕሊናሰ ይትነባእ ወኢያስተርኢ በከመ ጽሑፍ እስመ እለ የሐውሩ ጠዋየ ፍኖተ ይትዐቀፉ በጥውየተ አልባቢሆሙ እሉ አስተ ጋብኡ ለሙ ምክንያተ በሕሊናሆሙ እኩይ ከመ ይትገኀሡ እምፍኖተ እግዚአብሔር ርትዕት ከመ ያስሕቱ ነፍሳተ ወየሐልዩ በዘኢይደሉ። ኢሳ ፭፫፱-፭፪። ሆሴ ፲፩፡፱። ፪ቆሮ ፬፡፫።	41 ከምቲ ዝተጻሕፈ ነቶም ተጠራጠርቲ ግና ይሥወር እምበር ኣይግለጽን እዩ። እቶም ቡቲ ዘይቅኑዕ ግብሪ ጸኒያም ዝነበሩ ሰባት ቡቲ ዘይቅኑዕ ልቦም ይሰናኸሉ እዮም። እዚኦም ቡቲ ክፉእን ጥፉእን ሓሳባቶም ካብዛ ቅንዕቲ መንገዲ እግዚኣብሔር ንክፍለዩን ሰባት ኀኪሥሕቱን ዘይግባእ ውን ንክዛረቡ ምክንያት ክሕደት ገንዘብ ገበሩ። ኢሳ 29፡20-22። ሆሄ 14፡9። 2ይ ቆሮ 4፡3።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
፵፪ ዘንተ እቤ ሶበ አንበብኩ መጽሐፈ ቅድሳቲከ ወረከብኩ ውስቴቱ ነገረ ዘኢይነብብዎ በጽድቅ እሉ እለ አፍቀሩ ሐሰተ ወኢየአምር ለዓይ ምክንያት ነበቡ ዘንተ ወእልክቱ ይብሉ እመሰ አማኑኤል እም፪ቱ ህላዌያት ወእምድኅረ ተዋሕዶ ፩ዱ ህላዌ ለቃል ዘተሠገወ መፍትው ይትበሃል እንበለ ኑፋቄ ከመ ውእቱ ሐመ ወሞተ በህላዌሁ።	42 እቲ ፈላጥ ሰብኣትካ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ኣብ ዘንብበሉ ጊዜ እቶም ሓሶት ዝፈትዉ ብሓቂ ዘይዛረብዎ ነገር ኣብኡ ምስ ረኸብኩ ነዚ ተዛረብኩ። እዚ ውን ብምንታይ ምኽንያት ከምዝበልዎ ኣይፈልጥን። ንሳቶም ‘ኣማኑኤል ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ባህርይ ካብ ኮነ፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ሰብ ዝኾነ ባህርየ ቃል ሓደ ካብ ኮነ፡ ብዘይጥርጥር ንሱ ብባህሪኡ ሓመመ ሞተ ክበሃል ይግባእ’ ይብሉ።
፵፫ ወአበዊነሰ ብፁዓን እለ ሐገጉ ለነ ትእዛዘ ቅዱሰ ወሃይማኖተ ርትዕተ ይቤሉ እስመ ቃል ዘእመለኮተ አብ ዘቦቱ ኮነ ኮሉ ለሊሁ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ሮሜ ፩፡፫።	43 ነዚ ጽኑዕ ሕጊ ዝሓገጉልናን ቅንዕቲ ሃይማኖት ዝወሰኑልናን ብፁዓን ኣቦታትና ግና ‘ኮሉ ዝተፈጥረሉ ካብ ባህርየ **አብ** ዝተረኽበ ቃል ባዕሉ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ኾነ’ ይብሉ። ዮሓ 1፡1-14። ሮሜ 1፡3።
፵፬ ወንሕነ ንብል እስመ እሉ ቅዱሳን አኮ እሙንቱ ኢማእምራን ከመ ለሥጋ ዘኮነ ፩ደ ምስለ ቃል ቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ዘሂ ይብል ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ያጤይቅ ከመ አኮ ሥጋ ባሕቲቱ ዘኮነ ፩ደ ምስሌሁ ለቃል ዘእንበለ ነፍስ አላ ቦቱ ነፍስ ለባዊት።	44 ንሕና ውን እቲ ምስ ቃል ሓደ ዝኾነ ሥጋ እትፈልጥ እትዛረብ ነፍስ ከምዘላቶ እዞም ቅዱሳን ዘይፈልጡ ከም ዘይኾኑ ንዛረብ ኣሎና። ‘ቃል ሥጋ ኮነ’ ዝበለ ዮሓንስ ውን ሥጋ በይኑ ብዘይ ነፍሲ ምስ ቃል ሓደ ከምዘይኮነ የረድእ። እትፈልጥ ነፍስ ኣላቶ ደኣ እምበር።
፵፭ ወፈድፋደሰ አነ እብል ከመ ቦቱ ነፍስ ወልብ ለባዊ ወበእንተዝ ነበበ ዮሐንስ ጠቢብ ወንጌላዊ እንዘ ይብል ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ወአኮ ተዋሕዶቱ በሥጋ ዘእንበለ ነፍስ ወኢበውላጤ ወኢበሚጠት አላ ነበረ በዘዚአሁ ግብር እንዘ እግዚአብሔር ዘበአማን።	45 ብዝያዳ ውን ኣነ ነፍስን ዝፈልጥ ልብን ከምዘለዎ እዛረብ ኣሎኹ። ምእንትዚ ድማ ወንጌል ዝጸሓፈ ፈላጥ ዮሓንስ ‘እቲ ቃል ሥጋ ኮነ’ በለ። ሥጋ ዝተወሓደ ውን ብዘይ ነፍሲ ኣይኮነን። ከምኡ ውን ብምልዋጥን ባህሪኡ ብምግዳፍ ኣይኮነን። ናይ ባህርይ ኣምላኽ እንከሎ ደኣ ቡቲ ባዕሉ ዝሠርሖ ሥራሕ ጸኒዑ ነበረ እምበር።
፵፮ ወሶበ ነሥአ ትስብእተ እምብእሲት ወኮነ ከማነ ሥጋ ወነበረ በዘዚአሁ እንዘ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወአኮ ዘእንበለ ሥጋ ዘከመ ህልዎቱ ቅድመ እምቅድመ መዋዕል አላ ለብሰ ህላዌ ዚአነ ከመ ይኩን ሰብአ ወዕውቅ ውእቱ ከመ ለሥጋ ዘኮነ ፩ደ ምስሌሁ ቦቱ ነፍስ ለባዊት ወአኮ ውእቱ እምህላዌ ቃል።	46 ካብ ድንግል ሥጋን ነፍስን ውን እንተ ተዋሓደን ከማና ሰብ እንተኾነን ብባህሪኡ ጸኒዑ ሓደ ወልድ ኮይኑ ይነብር። ሰብ ንክኸውን ደኣ ናትና ባህርይ ለበሰ እምበር ከምቲ ቅድሚ ዘመን ዝነበሮ ሥጋ ዘይብሉ ኣይኮነን። ነቲ ምስ ቃል ሓደ ዝኾነ ሥጋ ውን እትፈልጥ ነፍሲ ከምዘላቶ ፍሉጥ እዩ። እዚ ግን ካብ ባህርየ ቃል ዝተረኽበ ኣይኮነን።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
፵፯ አልባቢነ ይትአመን እስመ ህላዌ ሥጋ ዘተዋሐደ ምስለ ህላዌ መለኮት ኢየነብሩ ቅድመ ወዳእሙ ንሕነ ንትአመን በፎዱ ወልድ ወፎዱ ክርስቶስ ወፎዱ እግዚእ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወሶበሂ ንቤ ከመ ውእቱ ሥጋ በከዊኖቱ ሰብአ።	47 ካብ ቅድም እቲ ቃል ዝተዋሓዶ ባህርየ ሥጋ ምስ ባህርየ መለኮት ሓደ ከም ዘይነበሩ ልብና ይኣምን። እንተኾነ እኳ ቃል ሥጋ ስለዝኾነ ግና ሓደ ወልድ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ኢልና ንኣምን። ንሱ ሥጋ ከምዝኾነ እንተ ተዛረብና ውን ሰብ ስለዝኾነ እዩ።
፵፰ ወንሕነ ንብል እስመ እምድኅረ ተዋሕዶ ፎዱ ህላዌ ለወልድ ዘተሠገወ ወኢይደሉ ይሕምም በህላዌ መለኮቱ ሶበሰ ንቤ እስመ ዝኩ ዘይደልዎ መዊት ሀሎ እምትካትሎቱ ዘበሥርዓት እምደለዎሙ ይበሉ ከመ በግብር ይደሉ ይሕምም ቃል እስመ ዘይትዌከፍ ሕማመ ኢሀሎ እምትካት ሎቱ።	48 ንሕና ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ባህርየ ወልድ ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ግና ብባህርየ መለኮቱ ክሓምም ኣይክእልን እዩ። እቲ ሞት ዝሰማምየ ሥጋ ብተዋሕዶ ካብ ጥንቲ ገንዘቡ ከም ዝነበረ ተዛሪብና እንተ ኾነ፡ ግድን ‹ቃል ክሓምም ይግባእ እዩ› ንክብሉ ምተገብኣም ነይሩ። ግና ሕማም ሞት ዝሰማምየ ሥጋ ንባዕሉ ካብ ጥንቲ ኣይነበረን።
፵፱ ወእመሰ ንቤ ከመ ውእቱ ተሠገወ ናበጽሕ በሥርዓተ ትሥጉት በካልእ አምሳል ወንብል ከመ ውእቱ ነሥአ እምዘርአ አብርሃም ወተመሰለ አኀዊሁ በኵሉ ወለብሰ አርአያ ገብር ወአብጠለ ንባበ እልክቱ እለ ይትናገሩ ዓቢያተ ወይብሉ በግብር ይደሉ ይሕምም እንበለ ኑፋቄ በህላዌ መለኮቱ እስመ ህላዌ ሥጋ ህልው ሎቱ እምትካት።	49 ንሱ ሰብ ከምዝኾነ እንተ ተዛረብና ግና ነቲ ሰብ ናይ ምኻን ምሥጢር ብኽልኤ ኣዘራርባ ክንዛረብ ኢና። ንሱ ሥጋ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ከምዝወሰደ ብኵሉ ንኣኀዋቱ ከምዝመሰለ፡ ናይ ግዙእ ባህርይ ከም ዝተዋሓደ ንዛረብ ኣሎና። ‹ባህርየ ሥጋ ንእኡ ካብ ቅድም ስለዝነበሮ ብዘይ ጥርጥር ብባህርየ መለኮቱ ከይፈተወ ተገዲዱ ሓመመ ሞተ ክብልዎ ይግባእ እዩ› ብምባል ከቢድ ፅኑዕ ነገር ናይ ዝዛረቡ፡ ናቶም ዘረባ ኣጥፍኡ።
፶ ወበለብዎትነ ሕማማቲሁ ለሥጋ ወኢሐሚሞቶ ለቃል ንሕነሰ በእንተ ዝንቱ ኢናወፅኦ ለቃል እምነ ሕማም እስመ ሥጋ ዚአሁ ውእቱ ወዓዲ በእንተዝ ንብል እስመ ኵሉ ዘሥጋ ውእቱ ዘቃል ዘእንበለ ኃጢኣት ዘአመ ሥርዓቱ።	50 ሥጋ ዝሓምም ቃል ከኣ ዘይሓምም ምኻኑ ስለዝፈለጥና ውን በዚ ነገር'ዚ ንሕና ንቃል ካብ ሕማም ኣይነውጽኦን ኢና። ምኽንያቱ ሥጋ ገንዘቡ እዩ። ከምኡ ውን ምእንቲ'ዚ ሰብ ብምኻኑ ብዘይካ ኃጢኣት ኵሉ ገንዘብ ሥጋ ናይ ቃል ገንዘብ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና።
፶፩ ወዓዲ ይቤሉ እመሰ ቃል ዘተሠገወ አሐዱ ህላዌ እንከሰ በግብር እንበለ ኑፋቄ ተቶስሑ በበይናቲሆሙ በሕፀተ ፎዱ ፎዱ እም ፪ቱ ህላዌያት አው በተውሳከ ካልኡ ሎቱ ወኮኑ ጠዋያን ኢማእምራነ ርትዕ ከመ ውእቱ ፎዱ ህላዌ ዘበአማን።	51 ከምኡ ውን ‹ሥጋ ዝተዋሓደ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ካብ ኮነ፡ እምበኣር ካብ ክልተ ባህርያት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ብምጕዳሉ ኮነ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ተወሳኺ ብምኻኑ ብዘይጥርጥር ብዘይ ፍታው ብግዲ ነሕድሕዶም ተሓዋወሱ› ይብሉ። እዞም ጸማማት እዚኣቶም ብሓቂ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ነዚ ቅኑዕ ሃይማኖት ዘይፈልጡ ኮኑ።

ዘቂርሎስ ም. ፷፯	ዘቂርሎስ ም. 78
፶፪ ወእመሰ ወልድ ዋሕድ ፩ዱ ውእቱ ህላዌሁ ዘበጽድቅ እስመ ቃል ዘተወልደ እምአብ በዘኢይትነገር ኢተሠገወ በሥጋ ዘአልቦቱ ነፍስ አላ ፈድፋደ ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት ወኮነ ሰብአ ወወፅአ እምብእሲት ወበእንተዝ ኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ህላዌ ወኢኀበ ፪ቱ ገጽ ወባሕቱ ነበረ ዘከመ ቀዳሚ ግብሩ እንዘ ፩ዱ ውእቱ ወአኮ እንበለ ሥጋ ወኢውዑአ እምነ ሥጋ አላ እስመ ሥጋ ዚአሁ ውእቱ በተዋሕዶ ዘአልቦቱ ፍልጠት።	52 እቲ ሓደ ወልድ ብሓቀኛ ባህሪኡ ሓደ ካብ ኮነ፡ ብዘይምርመር ልደት ካብ አብ ዝተወልደ ቃል እትፈልጥ ነፍሲ ዘለዎ እዩ እምበር ነፍሲ ዘይብሉ ሥጋ ኣይተዋሓደን። ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ውን ካብ ድንግል ተወሊዱ እዩ እሞ በዚ ክልተ ባህርይ ክልተ ገጽ ናብ ምኻን ኣይክፈልን እዩ። ከምቲ ናይ ቀደም ግብሩ ደኣ ሓደ ኮይኑ ነበረ እምበር። ብዘይ ሥጋ ኣይኮነን፡ ካብ ሥጋ ተፈልዩ ውን ኣይኮነን። ከመይ ሥጋ ገንዘቡ ስለዝኾነ ምፍላይ ብዘይብሉ ተዋሕዶ እዩ።
፶፫ ወዘይብል ዘንተ ኢይሔሊ ጽዋዔ ወሥርዓተ ለቃል ከመ ቦቱ ይትረከብ ቱሳሔ ወድማሬ አው ካልእ ግብር ዘከመዝ ወበአይ ምሳሌ በእንተ ግብረ ዝንቱ ንተሉ ዝክተ ወለእመኒ ንብል ከመ ፩ዱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ሶበ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ውእቱሰ ኢተቶስሐ ዘከመ ይብሉ እልክቱ እስመ ህላዌሁ ለወልድ ዋሕድ ኢተመይጠ ኀበ ህላዌ ሥጋ ወኢህላዌ ሥጋ ኀበ ህላዌሁ ለቃል አላ ለለኵሉ ፩ዱ ገጽ ጽኑዕ በህላዌ ወበዘዚአሁ።	53 እቲ ‘ሓደ ኮነ’ ዝብል ሰብ÷ ብቃል ጎድረት፡ ምትሕውዋስ ኮነ ወይ ከምዚ ዝበለ ካልእ ምልዋጥን ምፍላይን ከም ዘለዎ ብሥራሕን ብኣጻዋውዓን ኣይሓሰብን እዩ። ብዛዕባ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ብምንታይ ምሳሌ ነዚ ክዛረብ እየ፡ እቲ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ምስ ኮነ፡- ‘ሓደ እዩ’ እንተ በልና ውን ንሱስ ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ ኣይተሓዋወሰን። ናይ ወልድ ዋሕድ ባህርይ ናብ ባህርየ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። ናይ ሥጋ ባህርይ ውን ናብ ባህርየ ቃል ምኻን ኣይተለወጠን። ነፍስ ወከፍ ኣካል ብዘይምልዋጥ ብዘይ ምትሕ ውዋስ ብባህሪኡ ብግብሩ ደኣ ጸኒዑ ይነብር።
፶፬ ወአእመርናሁ እምነ ንባብ ዘነበብናሁ ይእዜ ወበዝ ጠየቅነ ተዋሕዶተ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትአመር በከመ ይቤ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ወልድ ዘኮነ ሥጋ ወዘሰ ይከውን እቱተ በህላዌሁ ባሕቲቱ ኢይትበሀል ከመ ውእቱ ተዋሐደ ለግሙራ አላ ለዘንብረ በበይናቲሁ ይትበሀል ተዋሐደ እሙነ በአምሳለ ሰብእ ዘውእቱ እምነፍስ ወሥጋ ወእሉ እንዘ ኢየኀብሩ በበይናቲሆሙ ወአኮ እሙንቱ እም፩ዱ ህላዌ ሶበ ተዋሐዱ ፈጸሙ ተዋሕዶተ ሰብእና።	54 ናይ መለኮትን ናይ ትሰብእትን ተዋሕዶ በዚ ሕጂ ዝተዛረብናዮ ዘረባ ፈለጥናዮ። እቲ ዘይምርመርን ዘይፍለጥን ተዋሕዶ ውን በዚ ተረዳእና። ከምቲ ዝበሎ እዚ ሥጋ ዝኾነ ወልድ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። ብባህሪኡ ንበይኑ እንተ ተፈልዩ ግና ፈጺሙ ተዋሓደ ኣይበሃልን እዩ። እቲ ነንሓድሕዱ ሓደ ዝኾነ፡ ብምስሊ እቲ ካብ ነፍስን ሥጋን ዝተፈጥረ ሰብ ብሓቂ ተዋሓደ ተባሂሉ ደኣ ይንገር። እቶም ነሓድሕዶም ሓደ ዘይኮኑ፡ ካብ ሓደ ባህርይ ውን ዘይተረኽቡ ነፍስን ሥጋን ምስ ተዋሓዱ ‘ሓደ ሰብ’ ይበሃሉ።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፷	ዘቂርሎስ ም. 78
፱፭ ወእፎመ ይትበህል ቦ ውላጤ ህላዌ ለዘተዋሐዶ ወለምንትኑ ያመጽኡ ነገረ ዓቢያተ እሉ እለ ይብሉ እመሰ ፩ዱ ውእቱ ህላዌ ቃል ዘተሠገወ በጽዋዔ ወበሥርዓት ዝግብር ይዌስክ ትድምርተ ወቱሳሔ ለእመ ሐጸ ህላዌ አው ተነብአ ውእቱሰ ኢሐጸ ወኢተነብአ በከመ ይቤሉ።	55 ነቲ ዝተዋሓዶ ከመይ ኢሉ ናይ ባህርይ ምልዋጥ ኣለዎ ይበሃል፡ እቶም ‘ሰብ ዝኾነ ባህርየ ቃል ብስምን ብሥራሕን ሓደ ካብ ኮነ፡ ባህርይ እንተ ጐዲሉ ወይ ኃዳሪ እንተ ኾይኑ እዚ ነገር'ዚ ጎድረት ኮነ ምትሕውዋስ የምጽእ እዩ’ ዝብሉ ስለምንታይ ከቢድ ነገር ይዛረቡ። ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ፡ ንሱስ ኣይጐደለን ኃዳሪ ውን ኣይኮነን።
፱፮ ወብሂሎትነ ተሠገወ የአክል ለአጠይቆ ከመ ውእቱ ኮነ ሰብአ ወሶበሰ አርመምነ በእንተዝ እምረከበ ድፍረቶሙ ፍኖተ ወእንዘ ንነብብ ድልወ አይቴኑ አምሳለ ሕጸት አው ውላጤ አው ሚጠት ወእሙንቱሰ ይቤሉ እመሰ ውእቱ አምላክ ፍጹም ወሰብእ ፍጹም እንዘ ፩ዱ ውእቱ ወንሌቡ ከመ ውእቱ ይትዔረዮ ለአብ በመለኮት ወይትዔረየነ ለነ በትሰብእት እፎኑ ይከውን ፍጹመ ወዓዲ ይቤሉ እመሰ ህላዌ ትስብእት ኢይትረከብ በባሕቲቱ እፎኑ ይትዔረይ ምስሌነ ወለእመሂ መለኮት ዘውእቱ ህላዌሁ ኢይትረከብ ባሕቲቱ እፎኑ ይትዔረዮ ለአብ።	56 ሰብ ኮነ ክንብል ከሎና ነፍስን ሥጋን ከምዝተዋሓደ ንምርዳእ የኣክል እዩ። ‘ሰብ ኮነ’ ኢልና ደጋጊምና እንተ ዘይንዛረብ በዚ እቲ ደፊሮም ዝዛረብዎ ክሕደቶም ምኽንያት ምረኽበ ነይሩ። ‘ሰብ ኮነ’ ኢልና ምስ እንዛረብ፡- እቲ ተሓዋወሰ፡ ተለወጠን ባህሪኡ ገደፈን ምባል ኣበይ ኣሎ፡ ንሳቶም ግና ‘ሓደ እንከሎ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ካብ ኮነ፡ ብመለኮት ንእብ ከምዝመስለሎ ብትስብእት ድማ ንኣና ከምዝመስለና እንተ ደኣ ፈሊጥና ከመይ ኢልካ ፍጹም ይበሃል፡’ በሉ። ከምኡ ውን ‘ባህርየ ሰብነት ንበይኑ እንተ ዘይተረኽቡ ከመይ ኢሉ ንኣና ይመስል፡ ባህሪኡ ዝኾነ መለኮት ንበይኑ እንተ ዘይተረኽቡኽ ከመይ ኢሉ ንእብ ይመስሎ በሉ፡’
፱፯ ለነሰ የአክለነ እንከ በጥይቅና ዝንቱ ትርጓሜ ዘነበብናሁ ወአንበርናሁ በውስተዝ ክፍል ሶበሰ ንቤ ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ወአርመምነ ወኢንቤ እምድኅረዝ ከመ ውእቱ ሥጋ ኮነ ወረሰይነ ሥርዓተ ውዑአ እምኔሁ እንከሰ እምረትዐ ነገሮሙ ከመ ይሰአሉ ወይበሉ አይቴኑ ፍጹምናሁ ለትስብእት።	57 ነኣና ግና እቲ ብርድኢት ኣብዚ ኣንቀጽ'ዚ ዝተዛረብናዮን ጽሒፍና ዘንበብናዮን እዚ ትርጓሜ'ዚ የኣኽለና። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ተዛሪብና ብድኅር'ዚ ‘ሥጋ ኮነ’ እንተ በልና፡ ንተዋሕዶ ነፍርስ ስለዘሎና በዚ ሰብ ናይ ምኻን ፍጹምነቱ ኣበይ ኣሎ፡ ኢሎም ንክሓቱ ነገሮም ቅኑዕ ምኾነ ነይሩ።
፱፰ ወናሁ ንሕነሰ አብጻሕነ ጥዩቀ ነገረ ትስብእት ሶበ ንቤ ከመ ውእቱ ሥጋ ኮነ ይትመየጡ እንከ ወየአክሎሙ ከመ ይደነግጹ እምሕሊናሆሙ በእንተ ግብር ዘኮነ ወኢይትቃረኑ ነገረ ጽድቅ እሉ እለ ይገድፉ ሥርዓተ ወይክሕዱ ትሥጉተ ከመ ያእትቱ ፍጽምናሁ ለትስብእተ ወልድ።	58 ንሕናስ ‘ቃል ሥጋ ኮነ’ ኣብ ንብለሉ ጊዜ፡ ሰብ ናይ ምኻን ነገር ፈጺምና እንሆ ኣረዲእና ኣሎና። ከምዚ ካብ ኮነ ይመለሱ። ካብ ክሕደቶም ይመለሱ። ብዛዕባ ተዋሕዶ መለኮትን ትስብእትን ዝበልናዮ ይኣኽሎም እዩ። እቶም ንተዋሕዶ ዝነቐፉ፡ ወልድ ፍጹም ሰብ ምኻኑ ንክፈልዩ ውን ኣምላኽ ሰብ ምኻኑ ዝኽሕዱ፡ እዚኣቶም ነዚ ሓቀኛ ሃይማኖት ኣይቃወሙ።

ዘቁርሎስ ም. ፎፗ	ዘቁርሎስ ም. 78
፱፱ ወእመሰ ኮነ በከመ እቤ ከመ ውእቱ ተሠገወ እስመ ነገር ያጤይቅ ከዊኖቶ ሰብአ አልቦ መኑሂ ዘየኀድገነ ንእመን ከመ ፩ዱ ዋሕድ ውእቱ ክርስቶስ ወልድ ዘውእቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ኀቡረ ወከመ ፍጹም ውእቱ በመለኮት ከማሁመ ፩ዱ ፍጹም ውእቱ በትስብእት በርትዕ ወጥበብ ዓቢይ ከመ መላኪ ንረሲ ንባበነ በሞተ እግዚእነ ወመድኃኒነ ወናጠይቅ ከመ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ኢሐመ በህላዌ ዚአሁ በሕማመ ሥጋ እስመ አምላክ ውእቱ ወባሕቱ ሐመ በህላዌ ምድራዊ	59 ከምቲ 'ተዋሓደ' ዝበልክዎ እንተኾይኑስ ‹ተዋሓደ› ምባል ሰብ ምኻኑ የረድኣና። ክርስቶስ ወልድ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ከምዝኾነ ንክንአምን ዝኽልክለና የለን። እዚ ኽኣ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ፍጹም ኣምላኽ ከምዝኾነ ፍጹም ሰብ ከኣ እዩ። ብሓቅን ብፍጹም ፍልጠትን ነቲ ነገርና ብሞት ጐይታናን መድኃኒና ከም ዳኛ ፈራዲ ንግበር። እቲ ሓደ ወልደ እግዚአብሔር ናይ ሥጋ ሕማም ብባህሪኡ ከምዘይሓመመ ነረድእ። ከመይ ኣምላኽ እዩ፡ ግና ብባህርየ ሥጋ ሓመመ።
፪ ወይደሉ ይኩን ግብረ ፪ቱ ጽኑዓን በዝንቱ ወልድ ዋሕድ አላ በሥጋ ዘበ አማን ከመ ኢይሕምም በመለኮቱ አላ በሥጋ ዚአሁ ውእቱ ዘሐመ ወዓ ዲ ኢሐመ ትስብእት ዕሩቀ እመለኮት ወበእንተ ዝንቱ ይሔልዩ እልክቱ ከመ ንሕነ ናበውእ ለእንተ ትሰመይ ታኦንትያ ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ሐመ በህላዌ መለኮቱ ብሂል።	60 በዚ ናቱ ዝኾነ ሥጋ ሓመመ ደኣ ይበሃል እምበር፡ ብመለኮቱ ሓመመ ምእንቲ ከይበሃል፡ ናይቶም ብተዋሕዶ ጸኒያም ዝነብሩ መለኮትን ትስብእትን ሥራሕ፡ በዚ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝኾነ ሓደ ወልድ እሙን ክኸውን ይግባእ።ግና ሥጋ ካብ መለኮት ተፈልዩ ኣይሓመመን።መለኮት ብሥጋ ሓመመ ስለዝበልና ንሳቶም ‹ታኦንትያ› ዝተባህለ ትምህርቲ ከምዝተቐበልና ጌሮም ይዛረቡ ኣለዉ።‹ታኦንትያ› ማለት ድማ እግዚአብሔር ብባህርየ መለኮቱ ሓመመ ማለት እዩ።
፫፩ ወእንዘ እሙንቱ ኢይሌብው ሥርዓተ በእከዮሙ ይፈቅዱ ይረስዩ ሕማመ ለሰብእ ባሕቲቱ እንዘ ይሴአሉ በእን ተ ርትዕ በጽርፈት ዘምሉእ ተሀብሎ ወኢይትአመኑ በቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ መድኀን ዘመጠወ ደሞ ባሕቲቱ በእንቲአነ። ዮሐ፲፡፲፩። ፩ዮሐ ፩፡፭።	61 ንሳቶም ከኣ ንተዋሕዶ ከይፈለጡ ድፍረት ብዝመልኡ ጸርፈ፡ ብዛዕባ ሓቂ እናሓተቱ ብተንኮሎም ነቲ ሕማም ንሥጋ ጥራይ ክገብሩ ይፈትዉ። ምእንታና ደሙ ዘፍሰሰ ዘድኀን ንሱ ጥራይ ከምዝኾነ ብቃል እግዚአብሔር ኣይኣምኑን እዮም። ዮሓ 10፡15, 1ይ ዮሓ 1፡7።
፫፪ ወፈድፋደሰ ይትአመኑ ከመ ውእቱ ብእሲ እቱት በለፌ ግብር ዘንተ ወዝንቱሰ ክሕደት ይገድፍ ኵሎ ግብረ ሥርዓተ ሥጋዌ ወይወስድ ምሥጢረነ ንጹሐ ኀበ አምልኮተ ሰብእ ወኢይሌብዉ እስመ ዘኮነ አይሁዳዊ በሥጋ ወመጽአ እምዘርአ እሴይ ወዳዊት ወለሊሁ ውእቱ ዘይቤ ብፁዕ ጳውሎስ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ወከመ	62 ዝያዳ ድማ ሓሚሙ ሞይቱ ዘድኃነና ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ጥራይ ከምዝኾነ ይኣምኑ። እዚ ክሕደት'ዚ ንተዋሕዶ ዘፍርስ እዩ። ነቲ ካብ ክሕደትን ኑፋቄን ዝተፈልየ ሃይማኖትና ውን ናብ ዕሩቕ ብእሲ ምምላኽ ይወስደና እዩ። እቲ ብዛዕባኡ ብፁዕ ጳውሎስ ናይ ክብሪ በዓል ቤትን ንኮሉ ፈጢሩ ዝገዝእ ዘለዓለማዊ ናይ ባህርይ ኣምላኽን ከምዝኾነ ዝተዛረበሉ፡ ንሱ ብሥጋ ካብ ወገን ኣይሁድ ዝተወልደ ካብ ዘርኢ እሴይን ዳዊትን ሰብ

ዘቂርሎስ ም. ፎኟ	ዘቂርሎስ ም. 78
ውእቱ እግዚአብሔር ዘውእቱ ላዕለ ኵሉ ቡሩክ ለዓለመ ዓለም እንከሰ ተዐውቀ ከመ ተሰቅለ ዲበ ዕፀ መስቀል ወበእንተዝ ስቅለትሂ ይትኌለቍ ሎቱ ። ሮሜ ፩፡፫። ፱፡፬-፮። ግብ ሐዋ ፲፫፡፳፫።	ከምዝኾነ ኣይፈልጡን እዮም። እምበኣር ኣብ መስቀል ከምዝተሰቐለ ተፈልጠ። ስለዚ ኸኣ ‹ሓመመ ሞተ› ተባሂሉ ይንገረሉ። ሮሜ 1፡3። 9፡4-6። ግብ ሓዋ 13፡23።
፷፫ ወካዕበ አነሂ እሰምዕ ከመ እሙንቱ ይሴአሉ እምድኅረዝ በእንተ ካልእ ግብር ወይብሉ ወእመሰ እግዚእ ሞተ በሥጋ ባሕቲቱ ይከውን ሞት ለዘአልቦቱ ንባብ በኵርህ እንበለ ፈቃዱ ወለእመ ንቤ ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት ይከውን ሞቱ በፈቃዱ ወአልቦ መኑሂ ዘይከልአነ ንበል ከመ ውእቱ ሞተ በህላዌ ትስብእት ወእመሂ ኮነ ዝንቱ እሙነ እፎኑመ ኢንትህበል ንበል ከመ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ዘእንበለ ፍልጠት።	63 ካብዚ ብምቐጻል ኸኣ ብካልኣ ነገር ከም ዝከራኸሩ እሰምዕ ኣሎኹ። 'ሞይታ ብሥጋ ጥራይ ካብ ሞተ፡ በቲ ነፍስ ዘይብሉ ባህርይ፡ ሞት ከይፈተወ ብግዲ ክመጽእ እዩ። ‹እትፈልጥ ነፍሲ ብዘለዎ ሥጋ ሞተ› እንተበልና ግና ሞት ብፍቓዱ ክኸውን እዩ። ሥጋ ብባህሪኡ ከምዝሞተ ንክንዛረብ ሓደ እኳ ዝኽልከለና የልቦን፡ እቲ ብባህርየ ሥጋ ሞተ ዝበልናዮ ሓቂ ካብ ኮነ፡ ብዘይ ምፍልላይ ክልተ ባህርያት ከምዘለዉ ኾኽንዛረብ ንምንታይ ዘይንደፍር' ይብሉ።
፷፬ ወዓዲ ይቤ ሶበሂ ይቤ ፩ዱ ከመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ አልቦ ምንትኒ ካልእ ዘናወሥኦ ዘእንበለ ዳእሙ ከመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲአነ በህላዌ ዚአነ ወዝ ነገር ፈድፋደ ይትቃረን ነገሮሙ ለእለ ይብሉ ፩ዱ ህላዌ ወይትቃወሙ ፈቂዶሙ ይረስዩ ዘንተ ንባበ ከንቶ ወአጽንዑ በኵሉ ገጽ ፪ቱ ህላዌያተ ወእንዘ ኢየአምሩ ይፈቅዱ ይፍልጥዎ በበበይኑ ዘእንበለ ይትረአዩ።	64 ከምኡ ውን ምእንታና ክርስቶስ ብሥጋ ከምዝሓመመ ሓደ ሰብ እንተ ተዛረበ፡ ‹ክርስቶስ ምእንታና ብባህሪና ሓመመ› ካብ ምባል ኃሊፍና ካልእ ምንም ንምልሶ የብልናን። እዚ ነገር'ዚ ናይቶም ‹ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ› ዝብሉ ሰባት ነገር ፈጺሙ ዘፍርስ እዩ ይብሉ። ነዚ ተዋሕዶ'ዚ ሓሶት ኾኽገብሩ ፈትዮም ይከራኸሩ። ክልተ ባህርይ ብምባል ኣበየ ዓንቀጹ ኣጽንዑ። ምሥጢሩ ከይፈለጡን ነገሮም ንልቢ ሰብ ከየረድኣን ነንበይኑ ክፈልይዎ ይፈትዉ ኣለዉ።	
፷፭ ወዝንቱሰ እንበለ ተዋሕዶ ይትረኀቅ በበበይኑ ርሑቀ ጥቀ ወይከውን ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ለፈ ፍሉጠ ለነሰ በኵሉ አምሳል ይከውነነ ዝንቱ ክሡተ ዘውእቱ ህላዌሁ ለሰብእ ዘንሌብዎ ከመ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ፩ዱ ዘነፍስ ወ፩ዱ ዘሥጋ ወእንዘ ነአምር ዘንተ በአልባቢነ ኢንከፍል ፪ቱ ህላዌያተ አላ ነአምሮ ፩ደ ወኢይከውኑ እንከሰ እሉ ፪ቱ ፪ቱ አላ ሰብእ ይከውን እምኔሆሙ ፩ደ ሰብአ። ዘፍ ፩፡፳፯።	65 እዝስ ብዘይተዋሕዶ ነንበይኑ ፈጺሙ ይፈላለ። ካብቶም ባህርያት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ወገን ዝተፈልየ ይኸውን። ንኣናስ እዚ ብኵሉ ነገሩ ይርድኣና እዩ። እዚ ድማ እቲ ሓደ ናይ ነፍስ እቲ ካልእ ድማ ናይ ሥጋ ክልተ ባህርያት ከምዘለውዎ እንፈልጦ ናይ ሰብ ባህርይ እዩ። እዚ ናይ ነፍስን ሥጋን ተዋሕዶ ፈሊጥና፡ ነዞም ክልተ ባህርያት ኣይንኸ ፍልን ኢና። ሓደ ከምዝኾነ ደኣ ንፈልጥ እምበር። እምበኣር እዞም ክልተ (ነፍስን ሥጋን) ሰብ ደኣ ብኣታቶም ሓደ ይኸውን እምበር ክልተ ኣይኮኑን። ዘፍጥ 1፡26።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፰	ዘቂርሎስ ም. 78
፰፮ ወሶበ ንቤ በእንተ አማኑኤል ከመ ውእቱ እምህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት ከመዝ ውእቱ እስመ ትስብእት ናሁ ኮነ ለቃል ወፀዱ ወልድ ውእቱ ምስሌሁ።ዮሐ ፩፡፩-፲፰።	66 ካብ ባህርየ መለኮትን ባህርየ ትስብእትን ከምዝተረኽበ ናይ አማኑኤል ነገር እንተ ተዛረብና፣ ከም ነፍስን ሥጋን ተዋሕዶ እዩ። እንሆ ሥጋ ናይ ቃል ገንዘብ እዩ እሞ፣ ምስኡ ኮይኑ ሓደ ወልድ እዩ። ዮሓ 1፡1-18
፰፯ ወመጻሕፍት ቅዱሳት እስትንፋሰ እግዚአብሔር ይቤላ ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ ወለነሂ ዓዲ ሠናይ ለነ ንበል ከመዝ በዘነበብነ ከመ ውእቱ በህላዌ ትስብእት ወፈድፋደሰ ሶበ ይብሉ ሰብእ ከመዝ በልብ ርቱዕ አኮ ዘይትነከይ ቃለ ምሥጢር ። ዮሐ ፭፡፴፱።	67 እስትንፋስ እግዚአብሔር ዝኾኑ ቅዱሳት መጻሕፍት ውን ንሱ ብሥጋ ከምዝ ዝሓመመ ተዛረቡ። ‹ሰብ ኮነ› ኢልና ከምዝተዛረብና ውን ንሕና ብሥጋ ከምዝሓመመ ክንዛረብ ይግብኣና እዩ። ዝያዳ ኸኣ ሰባት ብቅኑዕ ልቡና ከምዚ እንተ በሉ ንምሥጢር ተዋሕዶ ዘናወጽ ኣይኮነን። ዮሓ 5፡39።
፰፰ ምንት ውእቱ ህላዌ ትስብእት ዘእንበለ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት ወዓዲ ሶበ ንቤ ከመ ውእቱ ሐመ በህላዌ ሥጋ ወእሙንቱሰ ይብሉ ሐመ በህላዌ ትስብእት ከመ ዘይፈልጥዎ እምህላዌ ቃል እንዘ ይብሉ ፍሉጥ ባሕቲቱ ወይትአመኑ ፪ተ ወቃለ እግዚአብሔር አብ ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ ይብሉ ኢኮነ ፭ደ።	68 ናይ ሰብነት ባህርይ እንታይ እዩ፡ እትፈልጥ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ እዩ እምበር። ከምኡ ውን ንሕና ብባህርየ ሥጋ ሓመመ እንተ በልና፣ ንሳቶም ‹ንበይኑ ፍሉይ እዩ ኢሎም ካብ ባህርየ ቃል ስለ ዝፈልይዎ› ‹ሥጋ ብባህሪኡ ሓመመ ሞተ› ይብሉ። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ውን ኢሎም ይኣምኑ። እቲ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ቃል እግዚአብሔር **አብ** ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኣይኮነን ይብሉ።
፰፱ ወካዕበ ይብሉ ከመ እሙንቱ ዘእንበለ ፍልጠት ወይከሥቱ ለነ ከመ እሙንቱ ይሰብኩ ሃይማኖተ ርትዕተ ወእሙንቱሰ ኢይትአመኑ ዘንተ በ፫ነቤሆሙ ወለኢተፈልጠሂ ይብልዎ በካልእ አምሳል ዘከመ ንባቡ ከንቱ ለንስጥሮስ ዕልው እስመ ብእሲ ዘ፫ደረ ቦቱ ቃል ኢፍሉጥ ውእቱ እምእግዚአብሔር ቃል ወበዝንቱ ባሕቲቱ የዐብይዎ ወያከብርዎ ወእምነተ ተዋሕዶሰ ኢይብልዎ ዘእንበለ ዳእሙ በምክረ እከይ።	69 ከምኡ ኸኣ ‹ኣይተፈልዩን› ይብሉ። ቅንዕቲ ሃይማኖት ከም ዝምህሩ መሲሎም ከኣ ይረኣዩ። ንሳቶም ግና ነዚ ተዋሕዶዚ ብልቦም ኣይኣመኑሉን እዮም። ሓድነቱ ውን ከምቲ ‹እቲ ቃል ዝኃደሮ ሰብ፡ ካብ እግዚአብሔር ቃል ዝተፈልየ ኣይኮነን› ብምባል ከሓዲ ንስጥሮስ ዝተዛረቦ ሓሶት፡ ‹ብጎድረት እዩ› ይብልዎ። ብጎድረት ጥራይ ፈጺሞም የኽብርዎ። ኃደሮ ደኣ ይብሉ እምበር ነዚ ናይ ተዋሕዶ እምነት ኣይኣምኑን እዮም።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፸፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ምዕራፍ ፸፱ ክፍል ፶	**ምዕራፍ 79 ክፍሊ 50**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት በዘጸሐፈ ኀበ ነገሥት ጌራን ወዘከመ እግዚአብሔር አብ ፩ዱ ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ከማሁ ዓዲ ወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ዘእምኔሁ ኮነ ኵሉ ፍጥረት ወ፩ዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ ዘላዕለ ኵሉ ። ፩ቆሮ ፲፪፤፮።	1 እዚ ሊቀ ጳጳሳት ቄርሎስ ናብቶም ለዋሃት ነገሥታት ጽሒፉ አብ ዝሰደዶ መልእኽቲ ከምዚ በለ÷ኵሉ ብዝተፈጥረሉ እግዚአብሔር **አብ** ሓደ ከምዝኾነ፡ ከምኡውን እቲ ኵሉ ፍጥረት ካብኡ ዝተረኽበ ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም **አብ** ሓደ እዩ። ኽኵሉ ዝፈጠረ መንፈስ ቅዱስ ውን ሓደ እዩ። 1ይ ቆሮ 8፡6።
፪ ወኢነጎድጎሙ ለዕልዋን ይክፍልዎ ለዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ አላ ንሕነሰ ተምህርነ ከመ ንርአይ ወንትአመን ርቱዐ ከመ ኢንክፍሎ ለወልደ እግዚአብሔር ኀበ ፪ቱ ዘተወልደ እመለኮተ እግዚ አብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ከመ ኢኮነ ዋሕድ ባሕቲቱ አሐደ ወካልእ ዘተወልደ እምብእሲት በደኃሪ መዋዕል ወኮነ መትሕተ ሕግ።	2 መናፍቓን ነቲ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ክኸፍልዎ ኣይንኃድጎምን ኢና። ንሕና ግና ነቲ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ፡ ሓደ ንሱ ሓደ በይኑ ከምዘይኮነ ጌርናን ካብ ድንግል ዝተወልደ ፈጻሚ ሕጊ ዝኾነ ፍሉይ እዩ ብምባልን ነቲ ቅድሚ ኵሉ ዓለም ካብ እግዚአብሔር **አብ** ዝተወልደ ወልደ እግዚአብሔር ናብ ክልተ ኽኸይኽፍል ነታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ክንፈልጥን ክንኣምንን ተማሂርና ኢና።
፫ ንእመን ቦቱ ከመዝ ወንበል ፩ዱ ውእቱ ለሊሁ ከመ እምቅድመ ይልበስ ሥጋ ወይትዋሐድ ቦቱ እሙነ ወለሊሁ ክመ እምድኅረዝ ፩ዱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር አብ ወሶበ ነሥአ ሎቱ ሥጋ ፍጹመ እም ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ኢተወለጠ ወኢተመይጠ ለከዊነ ሥጋ ወሶበሂ ለብሰ ሥጋ ኢወጽአ እመለኮቱ ለግሙራ አላ በዘዚአሁ ይሄሉ ዘልፈ እንዘ ለሊሁ እግዚአ ኮሉ።	3 ንሱ ብሓቂ ቅድሚ ሥጋ ምልባሱን ምውሓዱን ንሱ ሓደ ጥራይ እዩ፡ ሰብ ድኅሪ ምኻኑ ውን ንሱ ወዲ እግዚአብሔር **አብ** ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ንሱ ካብ ወላዲት አምላኽ ድንግል ማርያም ፍጹም ሥጋ ምስ ወሰደ፡ ናብ ሥጋ ምኻን ፈጺሙ ኣይተለወጠን።ኮሉ ሳዕ ብባህሪኡ ጸኒዑ ናይ ኮሉ ጐይታ ኮይኑ ይነብር እምበር ሥጋ ምስ ተዋሓደ ካብ ኣምላኽነቱ ኣይወጸን ብምባል ከምዚ ኢልና ብእኡ ንኣምን።
፬ ወይቤ አንትሙ ተአምሩ ከመ በጸጋ ነድየ በእንቲአነ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እንዘ ባዕል ውእቱ ከመ ትብዐሉ አንትሙ በንዴተ ዚአሁ ነጽሩ ይእዜ ኀበ ልዕልና ህላዌ መለኮት ዘሀሎ ለዓለም አያቀ ዘንተ ከመዝ በጥይቅና ወትሕትናሁ ለትስብእት ዘለብሶ ዋሕድ እንዘ ይትዋሐድ እም፪ቱ ህላዌያት። ፪ቆሮ ፰፡፱።	4 ‹ንሱ ሰብ ብምኻኑ ንሸኻትኩም ምእንቲ ክትክብሩ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክብሪ ዘይደሊ እንከሎ ምእንታና ብለውሃ ቱ ክብሪ ዝደሊ ሥጋ ከምዝተዋሓደ ትፈልጡ ኢኹም› በለ ቅዱስ ጳውሎስ። ነቲ ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነብር ልዕልና ባህርየ መለኮቱ ሎሚ ኣስተውዕሉ። ልዕልና ባህርየ መለኮት ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ኮይኑ፡ ሓደ ንሱ ዝተዋሓዶ ትሕትና ሥጋ ብፍጹም ምርዳእ ኣረድኣ። 2ይ ቆሮ 8፡9።
፭ ወኢይትረከብ በምንትኒ እምነገር ፍካሬ ብዕለ መለኮት ዘኢይትነገር	5 ዘይንገር ናይ መለኮት ክብሪ ምሥጢር ብዘረባ ፍጹም ኣይርከብን እዩ። ኮሉ ካብ እግዚአብሔር ይወሃብ እምበር

ዘቂርሎስ ም. ፎ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ወትስብእትሰ ነዳይ ውእቱ ጥቀ ወይትወሀብ ሎቱ ኵሉ እምሰማይ ወለእግዚአብሔርሰ ሎቱ ኵሉ ወውእቱ ህልው እምቅድመ ኵሉ ፍጥረታት ወትስብእትሂ ኮነ እም እግዚአብሔር ወአኮ ህልው ውእቱ በኵሉ መዋዕል ወባሕቱ ባዕል ዘበአማን በመለኮቱ ኮነ ነዳየ በእንቲአነ በፈቃዱ ወተመሰለ ኪያነ ከመ ይኩን ህላዌሁ ለሰብእ በስብሐተ ልዕልና መለኮት በክርስቶስ ኢየሱስ ወይርኃቅ እምኔሁ ዐቅመ ንዴት።	ሥጋስ ፈጺሙ ምንም ዘይብሉ እየ። ንእግዚአብሔር ግና ኵሉ ናቱ እየ። ንሱ ቅድሚ ኵሉ ፍጥረት ዝነበረ እየ። ሥጋ ውን ብሥልጣን እግዚአብሔር ዝተፈጥረ እምበር ቅድሚ ኵሉ ዘመናት ዝነበረ ኣይኮነን። ብሓቂ ብባህሪኡ ክብሪ ዘይደሊ ንሱ ግና ምእንታና ፈትዩ ክብሪ ዝደሊ ሥጋ ተዋሓደ፡ ንኣና ውን መሰለ። እዚ ኸኣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ባህርየ ሰብ ብልዑል ክብሪ መለኮት ንክኸብር፡ ደረት ድኽነት ውን ካብ ሥጋ ንክርሕቕ እዩ።
፮ ወአንሥአነ እግዚአብሔር አብ ምስሌሁ ወአንበረነ በየማኑ በሰማያት በኢየሱስ ክርስቶስ በከመ ጽሑፍ ሶበሰ ኢለብሰ ክርስቶስ ህላዌ ዚአነ ነዳዪተ እንዘ ባዕል ውእቱ በመለኮቱ እምኢደለወ ህላዌ ዚአነ ይኩን በውስተ ዝክብር ወእንዘ ህላዌሁ ለሰብእ ነዳይ ውእቱ እምትካት እፎመ ይትበህል ከመ ውእቱ ነድየ ዓዲ ምዕረ ዳግመ ወለዝንቱሰ ይደሉ ከመ ንበሉ በእንተ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ዘነድየ በእንቲአነ ከዊኖ ከማነ እንዘ ባዕል ውእቱ። ኤፌ ፪፡፮።	6 እግዚኣብሔር **አብ** ምስኡ ንክነብር ኣተንሢኡ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማይ ብኽብሪ ኣንበረና። ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ክርስቶስ ብመለኮቱ ክብሪ ዘይደሊ እንከሎ፡ ክብሪ እትደሊ ናትና ባህርይ እንተ ዘይወሓድስ ባህሪና ነዚ ክብር'ዚ ክረክብ ኣይምኻኣለን ነይሩ። ካብ ቅድሙ ባህርየ ሰብ ክብሪ ዘይብሉ እንከሎ፡ ከም ብሓድሽ ከመይ ኢልካ ሰኣነ ይበሃል፡ እዚስ ነቲ ክብሪ ዘይደሊ እንከሎ ከማና ሰብ ምስ ኮነ ምእንታና ክብሪ ዝደሊ ሥጋ ዝተዋሓደ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልደ እግዚኣብሔር ክንዛረቦ ይግባእ። ኤፌ 2፡6።
፯ እንከሰ ፩ዱ ውእቱ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዘተሣየጠነ በደሙ እመርገመ ኦሪት ወያረ መርገመ በእንቲአነ በከመ ጽሑፍ ርጉም ኵሉ ዘስቁል ዲበ ዕፅ ወመጽሐፈ ሕግሂ ያጤይቅ እስመ ዘሀሎ መትሕተ ዕል ወት ወኃጢኣት ርጉም ውእቱ ወክርስቶስ ንጉሥ ዘኢየአምር ኃጢኣተ ተኰነነ በእንቲአነ ወተዐገሠ ኵነኔሁ ለዓመፃ በእንቲአነ ወተወክፈ ሕማማተ ዘይደልዎሙ ለእለ እሙንቱ መትሕተ መርገም ዘኢመጠኑ ኵሉ ፍጥረት ሶበ ሞተ አእተተ ኃጢኣተ እንተ ኮነት በዕልወት ቀዳሚ በዕልወት እም ፍጥረተ ዓለም ። ገላ ፫፡፲፫-፲፬። ዘዳግ ፳፩፡፳፫። ፪ቆሮ ፭፡፳፩።	7 እምበኣር 'ኣብ ዕንጸይቲ ዝተሰቐለ ኵሉ ርጉም እዩ' ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፡ ምእንታና መርገም ኦሪት ተቐቢሉ ካብ ፍዳ ኦሪት ብደሙ ዘድኃነና ወልደ እግዚኣብሔር ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። ሕጊ ብምፍራስ ኣብ ኃጢኣት ዘሎ ርጉም ከምዝኾነ መጽሓፍ ሕጊ (ኦሪት) የረድእ። ኃጢኣት ዘይብሉ ንጉሥና ክርስቶስ ምእንታና መከራ ተቐበለ፡ ስሌና ነቲ ብምኽንያት በደል ዝመጸ ፍርዲ ፈትዩ ተቐበለ። ነቶም ኣብ መርገም ኦሪት ዘለዉ ሰባት ዝግባእ መከራ ተቐበለ። ኵሉ ፍጥረት ዘይመጣጠኖ ንሱ ምስ ሞተ፡ ነታ ዓለም ካብ ዝፍጠር ጀሚራ ብምፍራስ ቀዳመይቲ ትእዛዝ ዝመጸት ኃጢኣት ኣጥፍኣ።ገላ 3፡13-14። ዘዳግ 21፡23። 2ይ ቆሮ 5፡21።

ዘቁርሎስ ም. ፎፀ	ዘቁርሎስ ም. 79
፰ ወተሣየጠነ በደመ ባሕቲቱ ኮሎ እለ መትሕተ ሰማይ ሶበሰ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ እምነ መለኮት መኑ እምክህለ ይበል ኮሉ ኢይትማጠኖ ወእመሰ አእመርነ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ወሐመ በሥጋሁ ባሕቲቱ ወኮሉ ፍጥረት ከመ ወኢምንት በጎቤሁ እንከሰ በሞተ ዝንቱ ሥጋ ባሕቲቱ ኮነ መድኃኒት ለኮሎሙ እለ መትሕተ ሰማይ ለዓለመ ዓለም እስመ ውእቱ ሥጋሁ ለእግዚአብሔር ቃል ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አብ። ፪ቆሮ ፭፡፲፱። ፩ጴጥ ፪፡፳፬። ግብ ሐዋ ፬፡፲፪። ዮሐ ፫፡፲፯።	8 ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎና ኮላትና ብናይ በይኑ ደም ኣድኃንናን። ካብ መለኮት ዝተፈልየ ሰብ እንተ ዝኸውንሲ ‹ኮሉ ዘይመጣጠኖ እዩ› ብምባል መን ኽዛረብ ምኽኣለ ነይሩ፡ ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ብሥጋኡ ጥራይ መከራ ከም ዝተቐበለ፡ ኮሉ ፍጥረት ውን ብእኡ ኢምንት ከምዝኾነ ካብ ፈለጥና እምበኣር ብሞት ናይ'ዚ ሥጋ ጥራይ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘለዉ ኮሎም ንዘለዓለም ድኅነት ተገብረ። ከመይ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተረኽበ ቃል እግዚኣብሔር ዝተዋሓደ ሥጋ ስለዝኾነ። 2ይ ቆሮ 5፡14።1ይ ጴጥ 2፡24። ግብ ሐዋ 4፡12። ዮሓ 3፡17።
፱ ወንሕነ ነአምን ዘበጽድቅ ልደቶ ከመዝ ወሕቀ ሐፀ እምነ መላእክት እንዘ ይሰግዱ ሎቱ መላእክት ወይነብር በየማነ አቡሁ ወባሕቲቱ ናሁ ተዐውቀ ምክንያተ ዝንቱ ነገር ዘውእቱ ርደቱ ኀበ ዐቅመ እጓለ እመሕያው ወነሥአ ሥጋ መዋቲ ወረሰዮ ሎቱ ለባሕቲቱ ወሐመ ቦቱ በፈቃዱ እንዘ ክሉል በአርያም ክብረ ወስብሐተ ወበእንተ ሕማመ ሞቱ አብጠለ ሞተ ወሠዐረ ሙስና ከመ ኢይኩን እንከ እስመ ሕይወት ወርስት ውእቱ። መዝ ፹፡፩። ፴፯(፴፮)፡፲፰። ዮሐ ፩፡፩-፶፪።	9 ንሕና ውን ብሓቂ ከምዚ ምውላዱ ንኣምን። ማዕረ ኣቦኡ ዝቕመጥ መላእኽቲ ዝሰግድሉ ካብ መላእኽቲ ቁሩብ ንኣሰ። እንተኾነ ግና ካብ መላእኽቲ ንኣሰ ዝተባህለሉ ምኽንያት እንሆ ተፈልጠ። እዚ ኽኣ ናብ መጠን ሰብ ምውራዱ እዩ። ሞት ንዝሰማምየ ሥጋ ውን ወሲዱ ንበይኑ ናቱ ገበሮ። ኣብ ኣርያም ክብሪ ምስጋና ዝቕበል ኣምላኽ እንከሎ ብፍቓዱ መከራ ብሥጋኡ ተቐበለ። ቡቲ ሕማሙን ሞቱን ንሞት ኣጥፍኣ። ድኅሪ ሕጂ ምፍራስን ምብስባስን ኽኸይሀሉ ሠዓረ። ከመይ ሕይወትን ክብርን እዩ። መዝ 8፡5, 37(36)፡18, ዮሓ 1፡4-52።
፲ ወለእመሂ ተሰምየ ኢየሱስሃ ወሐፀ ሕቀ እምነ መላእክት ንሕነሰ ኢነአምሮ ከመ ውእቱ ብእሲ ፍሉጥ እምነ መለኮት ለፌ በገጸ መካን አላ ለሊሁ ዋሕድ ቅዱስ ውእቱ ወጎደገ መካነ ሉዐሌ ክብር ዘመላእክት በሥርዓት በእንተ ዘኮነ ዘበአማን ሰብአ እስመ ለእጓለ እመሕያው የሐጽጹ እመላእክት በልዕልና ወበክብር ወስብሐት ዘሀለዉ ውስቴቱ መላእክት እስመ ኢሥጋውያን ወኢመዋትያን እሙንቱ።	10 ዋላ ውን ኢየሱስ እንተተሰምየን ካብ መላእኽቲ ቁሩብ እንተነኣሰን፡ ንሕናስ ካብ መለኮት ናብ ሓደ ወገን ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ኣይንብልን። ንሱ ሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ እምበር። ብሓቂ ሰብ ስለዝኾነ ውን ናይ መላእኽቲ ክቡር ቦታ ኃደገ። ምኽንያቱ ሰባት ካብቲ መላእኽቲ ዘለውዎ ብልዕልናን ኽብርን ጐይትነትን ካብ መላእኽቲ ስለዝንእሱ ከምኡ ውን መላእኽቲ ሥጋውያን ስለዘይኮኑን ስለዘይሞቱን እዩ።

ዘቄርሎስ ም. ፎ፱	ዘቄርሎስ ም. 79
፲፩ ወልድሰ ለሊሁ ተዐገሠ እሎንተ ሕማማተ ከመዝ አትሐየቶ ርእሶ ባሕቲቱ፡ ወባሕቱ ዘሐፀ ሕቀ እመላ እክት በእንተ ዐቅመ ትስብእት ዘኮነ ቦቱ ዓዲመ ለሊሁ በልዕልና መለኮቱ ዘከመ ቀዳሚ ግብሩ ወሎቱ ይሰግዱ ኵሎሙ መላእክት ወይነብር ዲበ መንበረ መለኮት እንዘ መላእክት ይቀውሙ ዐውዶ ወይሴብሕዎ በኵሉ ጊዜ ኃይላት ወሊቃናት ወመኳንንት ወይሰምይዎ እግዚአ ለቃለ እግዚአ ብሔር ዘኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ ዘነሥአ በዘኢይትነገር ግብር ። ሉቃ ፪፡፲፬። ዕብ ፩፡፩-፲፬።	11 ንሱ ወልድ ግና ብዝተፈልየ ኣካሉ ርእሱ ኣትሒቱ፡ ነዞም ሕማማት እዚኣቶም ተዓገሠ። ግና ‹ካብ መላእኽቲ ቁሩብ ንኣሰ› ምባሉ ሰብ ስለዝኾነ እዩ። በዚ ውን ከም ቀደሙ ብልዕልና መለኮቱ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር። ኵሎም መላእኽቲ ውን ይሰግዱሉ። መላእኽቲ ኣብ ዙርያ ዝፋኑ ቆይሞም፣ ኃይላትን ሊቃናትን መኳንንትን ኵሉ ጊዜ እናኣመስገንዎ ኣብ ዙፋን ኣምላኽነቱ ነጊሡ ይነብር። ነቲ ብዘይ ምርመር ግብሪ ምስቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ንእግዚኣብሔር ቃል ውን ‹ጐይታ ፈጣሪ› ይብልዎ። ሉቃ 2፡14, ዕብ 1፡1-14።
፲፪ ሥጋ ፍጹም ዘቦቱ ነፍስ ለባዊት ወአኮ ውእቱ ዘእንበለ ነፍስ ዘከመ ይቤሉ ዐላውያን ሰብእ ከመ ዘኢተሳተፈ ሥጋ ወደመ ዘውእቱ ልደት በሥጋ እምድንግል ቅድስት ወይእዜሰ ፭ዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ዘነሥአ ሥጋ ሰብእ ወተዋሐደ ቦቱ ወይሂሉ ለዓለም በዘዚአሁ ግብር።	12 እዚ ድማ እትዛረብ ፈላጥ ነፍሲ ዘለዎ ፍጹም ሥጋ እዩ። ከምቲ መናፍቓን ሰባት ነፍስን ሥጋን ዘይወሰደ ጌሮም ዝዛረብዎ ነፍሲ ዘይብሉ ኣይኮነን። እዚ ውን ካብ ቅድስት ድንግል ብዝወሰዶ ሥጋ ምውላዱ እዩ። እምበኣር ሥጋ ሰብ ወሲዱ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። ንዘለዓለም ብሓደ ግብሪ ጸኒዑ ይነብር።
፲፫ ወአብጠለ ሙዓቶ ለሞት እስመ ሕይወት ውእቱ ወእግዚኣብሔር ወይደሉ ናእምር ከመ ሥጋ ዚአሁ ውእቱ ወቦቱ ጥዕመ ሞተ ወለሊሁ ተንሥአ ወአብጠለ ሞተ ወወህበ ለትዝምደ ዚአነ ኵሎ ህብተ ህላዌሁ ወዝግብር ዘውእቱ ኪደተ ሞት ወአብጥሎተ ሙዓቱ አኮ ዘብእሲ ሕፁፅ ከማነ አላ ክቡር ውእቱ ጥቀ እምዐቅመ እጓለ እመሕያው።	13 ሕይወት እዩ፡ ፈጣሪ ውን እዩ እሞ ናይ ሞት ዓወት ኣጥፍኡ። ሥጋ ገንዘቡ ከምዝኾነ፡ ብሥጋ ውን ከምዝሞተ፡ ሞይቱ ከምዝተንሥኡ፡ ንሞት ከም ዘጥፍኡ፡ ንባህሪና ውን ኵሉ ባህርይ ሕይወቱ ከምዝሃበ ክንፈልጥ ይግባእ። እዚ ሥራሕ'ዚ ማለት ንሞት ምስዓርን ሥልጣኑ ምጥፋእን ናይ'ዚ ከማና ዝበለ ናይ ድኹም ሰብ ሥራሕ ኣይኮነን፡ ካብ ዓቕሚ ሰብ ፈጺሙ ዝረሓቐ እዩ።
፲፬ ወበእንተ ዝንቱ ነአምን ወንብል ከመ ውእቱ ተሳተፈ ሥጋ ወደመ ቃለ እግዚኣብሔር ወኮነ ሰብአ ከማነ ወነበረ በዘዚአሁ ግብር በመለኮቱ መዋዒ ሞት ለሊሁ እግዚኣብሔር ዘኮነ ሰብአ በከመ ጽሑፍ ወዓዲመ ለሊሁ ኮነ ሊቀ ካህናት በትስብእቱ ለሊሁ መሥዋዕት በሥጋ ዘነሥአ	14 ስለዚ ኽኣ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ነፍስን ሥጋን ከምዝተዋሓደ፡ ከማና ፍጹም ሰብ ከምዝኾነ፡ ንሞት ብዝስዕር መለኮቱ በቲ ናቱ ግብሪ ጸኒዑ ከምዝነብር ኣሚንና ንዛረብ ኣሎና። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ንሱ እዩ፡ ‹ቃል ሥጋ ኮነ› ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ። በዚ ውን ሰብ ብምኻኑ ሊቀ ካህናት ኮነ። በቲ ዝለበሶ ሥጋ ውን

ዘቂርሎስ ም. ፷፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ወሎቱ የዐርጉ መሥዋዕተ በመለኮቱ ወለሊሁ ሠራዬ ኃጢአት ዘከመ መባሕተ መለኮቱ እንከሰ ፭ዱ ውእቱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ። ዮሐ ፩፡፲፬።ዕብ ፪፡፲፯። ራእ ዮሐ ፶፡፫-፭።	መሥዋዕቲ ንሱ እዩ። በቲ ኣምላኽነቱ ድማ መሥዋዕቲ ንእኡ የቕርብሉ። ከምቲ ሥልጣን ጐይትነቱ ሠራዬ ኃጢኣት ንሱ እዩ። ከምዚ ካብ ኮነ ጐይታ ፈጣሪ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ። ዮሓ 1፡14, ዕብ 2፡17, ራእ ዮሐ 8፡3-6።
፲፭ ወእመሂ ንቤ ዓዲ ከመ ውእቱ ሰገደ ለአብ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ ወሎቱ ይሰግዱ ኵሉ ፍጥረት በመለኮት ወይነብር ዲበ መንበረ መለኮት ወመላእክት ይቀውሙ ዐውዱ ወይሴብሕዎ በኵሉ ጊዜ ኃይላት ወሊቃናት ወመኳንንት ወይሰምይዎ እግዚአ። ማቴ ፳፪፡፴፱። ዮሐ ፬፡፳፪ ፩ጴጥ ፫፡፳፪።	15 ሥጋ ስለዝተዋሓደ ንእብ ከምዝሰገደ እኳ እንተተዛረብና፡ ብኣምላኽነቱ ኵሉ ፍጥረት ይሰግደሉ። ኣብ ዙፋን ኣምላኽነቱ ነጊሡ ይነብር። መላእኽቲ ውን ኣብ ዙርያ ዙፋኑ ይቑሙ፡ ኃይላት ሊቃናት መኳንንት ብኵሉ ጊዜ የመስግንዎን ጐይታ ፈጣሪ ይብልዎን። ማቴ 26፡39, ዮሓ 4፡22, 1ይ ጴጥ 3፡22።
፲፮ ወይቤ ጎዳጠ መዋዕለ ሀሎኩ ምስሌክሙ ወአሐውር ኀበ ዘፈነወኒ ዓይኑ መካን ዘአልቦ ውስቴቱ ቃለ እግዚአብሔር እንዘ ውእቱ ይመልእ ኵሎ በህላዌ መለኮቱ ወእፎኑ ይፈንዎ አብ እንበለ ዳእሙ ዘፈነዎ በትስብእቱ ዘነሥኦ በአምሳለ ላእክ ። ዮሐ ፯፡፴፫። መዝ ፻፫(፻፪)፡፳፪።	16 ‹ንቁሩብ መዓልቲ ምሳትኩም ኣለኹ ናብቲ ዝለኣኸኒ ኸኣ ክኸይድ እየ› በለ። ብባህርየ መለኮቱ ኣብ ኵሉ ምሉእ እንከሎ እግዚብሔር ቃል ዘይብሉ ሥፍራ ኣየን እዩ፡ እብ ከመይ ኢሉ ይልእኮ፡ ብምስሊ ኣዳም ቢቲ ዝወሰዶ ሥጋ ዝለኣኾ ጥራይ እንተዘይኮይኑ እምበር።ዮሓ 7፡33።መዝ 103(102)፡22።
፲፯ ወለምንት በአምሳል ይቤ መድኅን ለአርዳኢሁ እፈኑ ለክሙ ጸራቅሊጦስሃ ዘውእቱ መንፈስ ቅዱስ ዘይመልእ ኵሎ ወበእንተዝ ለሊሁ ይቤ ከመ መንፈሰ እግዚአብሔር ይመልእ ኵሎ ዓለመ እንዘ ኢይወጽእ እምዕበየ መለኮቱ ወኢይትመየጥ እምህላዌሁ ወውእቱ ክመ መንፈሰ እግዚአብሔር ለዓለመ ዓለም። ዮሐ ፲፬፡፲፮-፲፯። ፲፭፡፳፮። መዝ ፻፫(፻፪)፡፮።	17 ንሱ 'ኣቦይ ለኣኸኒ' ከምዝበለ። መድኅን ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ነቲ ኣብ ኵሉ ምሉእ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ክልእከልኩም እየ ስለምንታይ በለ፡ በዚ ድማ እስትንፋስ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ካብ ጐይትነቱ ከይተፈልየ ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ኣብ ዓለም ምሉእ ከምዝኾነ ንሱ መድኅን ተዛረበ። ንሱ ውን ኵሉ ጊዜ ንዘለዓለም እስትንፋስ እግዚኣብሔር እዩ። ዮሓ 14፡16-17። 15፡26። መዝ 33(32)፡6።
፲፰ ይቤ አመ ሰቀልክምዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው አሜሃ ተአምሩ ከመ አነ ውእቱ ተሰቅለ እንከ በትስብእቱ ወሐይወ በመለኮቱ ወንሕነ ነአምን በትንሣኤሁ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ። ዮሐ ፰፡፳፰።፪ቆሮ ፲፫፡፬።ሮሜ ፩፡፬።	18 ወልደ እጓለ እመሕያው ‹ንኣይ ምስ ሰቐልኩሙኒ ሽዑ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾንኩ ክትፈልጡ ኢኹም› በለ። እምበኣር ሰብ ብምኻኑ ተሰቐለ፡ ኣምላኽ ብምኻኑ ድማ ተንሥኣ። ንሕና ውን ቢቲ ትንሣኤኡ ንሱ እግዚኣብሔርን ንእግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱን ከም ዝኾነ ንኣምን። ዮሓ 8፡28። 2ይ ቆሮ 13፡4። ሮሜ 1፡4።

ዘቁርሎስ ም. ፎ፱	ዘቁርሎስ ም. 79
፲፱ ወለእመ አመነ ቦቱ ከመ ኢተንሥአ ካልእ ዘእንበሌሁ አላ ፈድፋደሰ ለሊሁ ዘተንሥአ ወግብር ያጌብረነ በኵሉ ፍና ናእምር ከመ ሥጋሁ ዘሐመ በሞት ከመ ኢይትበሀል በእንተ ቃለ እግዚአብሔር ወከመ ውእቱ ዘተንሥአ እንዘ ለሊሁ ኢመዋቲ በህላዌ መለኮቱ።	19 ብዘይካኡ ካልእ ከምዘይተንሥአ፣ ዝያዳ እኳ ደኣ ዝተንሥአ ንሱ ባዕሉ ከምገቮነ ብእኡ ካብ ኣመንና÷ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል እቲ ዝሓመመን ዝሞተን ሥጋኡ ከምገቮነ ከምዝንገር፣ ብባህርየ መለኮቱ ዘይመውት ክቡውን ከሎ ዝተንሥአ ንሱ ከምገቮነ ብቑሉ ሥራሑ ንክንፈልጥ ግብሪ ትንሣኤ የረድእ።
፳ ንሕነሰ ንሰብክ በሞተ ፩ዱ መሲሕ ወ፩ዱ ወልድ ወንትአመን ትንሣኤሁ ወንሰብክ ሃይማኖተ ቦቱ በስሙ ውእቱ ከመ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሞተ በትስብእቱ ተብህለ ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ወተንሥአ እሙታን በመለኮቱ እስመ ሕይወት ውእቱ።	20 ንሕናስ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ወልድ ከምዝሞተ ንምህር። ትንሣኤኡ ውን ንኣምን። ብእኡ ብስሙ ምእማን ውን ንምህር። ሰብ ብምኻኑ ዝሞተ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ንሱ ብሥጋ ከምዝሞተ ብሥልጣኑ ከኣ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ከምዝተንሥአ ተነግረ፣ ከመይ ንሱ ሕይወት እዩ።
፳፩ መኑ ውእቱ ዘይብል እስመ ምግባር ዘእገብሮሙ በስመ አቡየ ውእቶሙ ሰማዕትየ ወእንበይነ መኑ ይብል ከመ ውእቱ አቡሁ ዘእንበለ እግዚአ ብሔር። ዮሐ ፭፡፴፮-፴፰። ፲፡፳፭-፵።	21 እቶም ብስም ኣቦይ ዝገብሮም ሥርሓት ምስክረይ እዮም ዝበለ መን እዩ፡ ብዘይካ ንእግዚኣብሔርከ፡ ኣቦይ ዝብሎ ንመን እዩ፡ ዮሓ 5፡36-38። 10፡25-40።
፳፪ ቦኑ እሙንቱ ይሔልዩ ከመ ዘውእቱ እምድንግል ለሊሁ ለፈ በገጸ ፍና ባሕቲቱ አው ለሊሁ ዋሕድ ባሕቲቱ ወኢይደሉ ከመ ይፈጽም ህላዌ ትስብእት ግብረ መለኮት ወኢይትከሀሎ ይብጻሕ ኀበ ዝንቱ ፍድፍድና።	22 ካብ ድንግል ዝተረክበ ንሱ ንበይኑ ሓደ ወገን ከምገቮነ፣ እቲ ቀዳምን ሰማ ብን ዘይብሉ ወልድ ውን ንሱ ንበይኑ ፍሉይ ከምገቮነ፣ ‘እቲ ዝተዋሓዶ ባህርይ ኸኣ ግብሪ መለኮት ክገብር ኣይክእልን እዩ፣ ናብዚ ክብሪ ኣምላኽነት ውን ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ’ ብምባል ብሓቂ ንሳቶም ይሓስቡ ይኾኑ።
፳፫ ወዳእሙ ለሊሁ ውእቱ ክርስቶስ ዘፈጸመ ግብረ አቡሁ ወኢነአምሮ ከመ ውእቱ ሰብእ ባሕቲቱ ከማነ አላ ለሊሁ አምላክ ዘተሳተፈ ሥጋ ወደመ ወነበረ ዓዲ በዘዚአሁ ግብር በመለኮቱ ዘህልው ቦቱ ቅድመ ወእመሂ ፈጸመ ምሥጢረ ትስብእት ለሊሁ ዕሩይ በኵሉ ግብር ምስለ አቡሁ ወአልቦ መኑሂ ዘይትአመን ርቱዐ ወይክሕድ ሥርዓተ ትስብእት።	23 ሥራሕ ኣቦኡ ዝፈጸመ ንሱ ባዕሉ ክርስቶስ እዩ። ከማና ዕሩቅ ብእሲ ጥራይ ከምገቮነ ጌርና ኣይንፈልጠን ኢና። ንሱ ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ እምበር። ከምኡ ውን ከምቲ ቅድም ዝነበሮ ብጕይትነቱ በቲ ናቱ ግብሪ ጸኒዑ ነበረ። ዋላ እኳ ሰብ ናይ ምኻን ምሥጢር እንተ ፈጸመ ብኵሉ ሥራሑ ምስ ኣቦኡ ሓደ እዩ። ሓደ እኳ ቅኑዕ ዝኣምን እሞ ነቲ ናይ ሰብ ምኻን ሥርዓት ዝኽሕድ የልቦን።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
፷፬ ይቤ ከመ ሕፃን ኮነ ይልህቅ በበሕቅ ወይጸንዕ ወይመልእ እምነ ጥበብ ወጸጋ እግዚአብሔር ምስሌሁ ወዓዲ ይቤ ከመ ኢየሱስ ኮነ ይልህቅ በበሕቅ በአካል ወጥበብ በጸጋ በኀበ እግዚአብሔር ወሰብእ። ሉቃ ፪፡፵-፶፪።	24 ሕፃን ክርስቶስ በብንእሽቶ ይዓብን ይጸንዕን፣ ካብ ጥበብ ውን ይመልእ ከምዝነበረ፣ ክብሪ ኣምላኽነት ውን ናቱ ከምዝኾነ ተዛረበ። ከምኡ ውን ኢየሱስ ብኣካልን ጥበብን ንፍቕሪ እግዚኣብሔርን ሰብን ጒዙ ብርትዓተ መለያልይ ይዓቢይ ከምዝነበረ ተናገረ። ሉቃ 2፡40-52።
፷፭ ወንሕነ ንብል ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ወለምግባራትኒ ዘይደሉ ለመለኮት ወለትስብእት ንኄልቆሙ ሎቱ ኅቡረ በተዋሕዶ ወንብል ከመ ውእቱ ተወክፈ እሙነ ልህቀተ ዘበበሕቅ ዘከመ ሥርዓት ዘይደሉ ለሥምረቱ ወርትዐተ መለያልየ ሥጋ ይጸንዕ በበሐቅ ወአስተርአየ እንዘ ምሉእ ጥበበ በእንተ ዘወሀቦ እምጥበቡ ባሕቲቱ ዘከመ ልሕቀተ በበሐቅ ዘይደሉ ለሥጋሁ ወዝንቱሰ ይደሉ ለሥርዓተ ትሥጉት ወለዐቅም ዘተወክፎ በከመ እቤ ቅድመ።	25 ንሕና ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ንኣምላኽነትን ንሰብነትን ዝግብኡ ተግባራት ብተዋሕዶ ሓደ ጌርና ንእኡ ሂብና ንናገር ኣሎና። ንሥጋ ዝግባእ ሥርዓት ብምኻኑ በብንእሽቶ ምዕባይ ብሓቂ ገንዘብ ከምዝገበረ ንዛረብ ኣሎና። ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ ንዝፈተዎ ሥራሕ ከምዝግባእ ነዚ ተቐበለ። ምትጎንዝ ናይ ሥጋ ኣካል ውን በብንእሽቶ ይጸንዕን ይፍጸምን። ንሥጋ ዝግባእ ውን በብንእሽቶ ምዕባይ ገንዘብ ከምዝገበረ፣ ካብ ባህርይ ጥበቡ ስለ ዘዋሓሓዶ ናይ ኣምላኽነት ጥበብ መሊኡ ተራእየ። ነዚ ውን ኣቐዲመ ከምዝበልኩዎ ሰብ ንምኻኑ ብጸቢብ ደረት ብሓቂር ቁመት ተወሲኑ ንምርኣዩ ዝግባእ እዩ።
፷፮ ወህላዌሁ ለቃል ቅዱስ ፍጹም ውእቱ በኵሉ ጊዜ ወፍጹመ ጥበብ ውእቱ ወቦቱ ምግባራት ዘይደሉ ለትስብእት ዘለብሶ በሥምረቱ።	26 እዚ ቅዱስ ናይ ቃል ባህርይ ግና በብጊዜኡ ምዕባይ ዘይብሉ ፍጹም እዩ። ብፍልጠት ውን ፍጹም እዩ። ናይቲ ፈትዩ ዝተዋሓዶ ሥጋ ዝሰማማዕ ሥራሕ ውን ገንዘቡ እዩ።
፷፯ ወዓዲመ ቦቱ ምግባራት ዘመለኮት እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ወለአምሳለ ሥርዓተ ሥጋ ዘነሥአ ናሁ ከሠተ ለነ በከዊኖቱ ከማነ ወቦቱ ዜነወነ ከመ ውእቱ ይትሌዓል እምኔነ በትስብእት።ዮሐ ፫፡፴፩-፴፫። ፰፡፳፫።	27 ከምኡ ውን ንኣምላኽነቱ ዝሰማማዕ ገንዘቡ እዩ። ከመይ ኣምላኽ ስለዝኾነ። ከማና ብምኻን ውን ነቲ ሥርዓት ሥራሕ ናይቲ ዝወሰዶ ሥጋ እንሆ ገለጸልና። ሰብ እኳ እንተኾነ ካባና ዝያዳ ዝረሓቐ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ብሥራሕ ነገረና። ዮሓ 3፡31-33። 8፡23።
፷፰ ወዓዲ እንዘ ልዑል መልዕልተ ኵሉመሙ ፍጡራን በመለኮቱ ወሕቀ ሐፀ እምኔሆሙ ባሕቲቱ በከዊኖቱ ሰብአ ወተትሕተ በአምሳል ዘአስተርአየ ከዊኖ ሰብአ ሶበሰ	28 ከምኡ ድማ ቡቲ ጐይትነቱ ልዕሊ ኵሎም ፍጡራን እንከሎ፣ ሰብ ብምኻኑ ጥራይ ካብኣቶም ንኣሰ። ቡቲ ሰብ ኮይኑ ዝተራእየሉ መልክዕ ተዋረደ። ናይ ሰብነቱ ሥራሕ እንተ ዘይሠርሕ ነይሩ እሞ ነቲ ፈትዩ ዝተቐበሎ ትሕትና ከመይ ኢሉ ገንዘቡ ምኾነ ፧

ዘቂርሎስ ም. ፎ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
አስተተ ምግባራተ ትስብእት እፎመ እምደለወ ሎቱ ትሕትና ዘተዐገሠ ቦቱ ወኢነአምር ቦቱ ለህላዌ ቃል ምግባራተ ትስብእት በህላዌሁ አላ ሐሰበ ሎቱ ዘንተ በሥጋሁ በከመ ተብህለ ከመ ውእቱ ርኅበ ወጸምአ ወደክመ እምሐዊረ ፍኖት።	ጥንቱ ንባህርየ ቃል ናይ ሰብነት ሥራሕ ከምዝነበሮ ኣይንዛረብን። ሰብ ብምኻኑ ደኣ ነዚ ገንዘብ ገበረ እምበር። ከምቲ ጠመየ ጸምአ መገዲ ብምኻድ ደኸመ ተባሂሉ ዝተነግረ እዩ።
፳፱ ወሶበ ትሰምዕ ከመ ሕፃን ልህቀ በበሕቅ ወጸንዐ ወመልአ ጥበበ ተአመን በምሥጢረ ሥርዓተ ሥጋሁ እንከሰ ንትወከፍ ቃለ ከመዝ ወናወሥእ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ዘተሠገወ ወናጽድቅ ቃሎ ለሉቃስ ወንጌላዊ ዘይብል ወሀለሙ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌሁ ወኢይቤ ውእቱ ነሥአ ጸጋ እምካልእ አምላክ ወባሕቱ ይቤ ሀለሙ ምስሌሁ ዘከመ ይደሉ ለመለኮቱ ዘውእቱ አምላክ ወውእቱ እግዚአብሔር ።	29 ሕፃን ክርስቶስ በብንእሽቶ ከምዝዓበየ ከም ዝደልደለን ጥበብ ውን ከምዝ ተመልአ ምስ ትሰምዕ፡ ሰብ ዝኾነሉ ምሥጢረ ተዋሕዶ ከምዝኾነ እመን። እምበኣር ከምዚ ኢልና ንቃል ንእመን፡ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር እዩ ንበል። ነቲ ወንጌላዊ ሉቃስ 'ክብሪ(ጸጋ) እግዚኣብሔር ምስኡ ኣለ' ንዝበሎ ቃሉ ውን ሓቂ እዩ ንበል። ንሱ ካብ ካልእ ኣምላኽ ጸጋ ተቐበለ ኣይበለን። ነቲ ሥጋ ዝለበሰ መለኮት ከምዝግባእ ናይ ባህርይ ጌሩ፡ 'ክብሪ ኣምላኽነት ምስኡ ኣለ' ደኣ በለ እምበር። እቲ ሥጋ ዝተዋሓደ ቃል ኣምላኽ እዩ፡ እግዚኣብሔር ውን እዩ።
፴ ወለእመሂ አስተርአየ በሥጋ ከዊኖ ሰብአ ውእቱሰ ኃይሉ ለአብ ወጥበቡ ውእቱ ወጥበቡ ለአብ እፎመ ኢየአምር ኅቡኣቲሁ ለአብ።	30 ሰብ ኮይኑ ብሥጋ እኳ እንተ ተገልጸ፡ ንሱ ናይ **አብ** ኃይሉ እዩ ጥበቡ ውን እዩ። እቲ ናይ **አብ** ጥበብ፡ ከመይ ኢሉ ነቲ ናይ **አብ** ረቂቕ ምሥጢሩ ኣይፈልጥን፡
፴፩ ወእፎ ተብህለ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ከመ የሐትት ኵሎ ግብረ ወኅቡኣቲሁ ለእግዚአብሔር ወዘንቱ መንፈስ ውእቱ መንፈሱ ለክርስቶስ እንከ እፎመ ኢየአምር ዘንተ በትስብእቱ አላ ውእቱሰ የአምር ኵሎ ዘከመ መለኮቱ ። ፩ቆሮ ፪፡፲-፲፩።	31 ንኾሉ ሥራሕ መርሚሩ ይፈልጥ እዩ፡ ናይ እግዚኣብሔር ረቂቕ ምሥጢሩ ውን ይፈልጥ እዩ ተባሂሉ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ከመይ ኢሉ ተነግረ፡ ናይ ክርስቶስ እስትንፋሱ እዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ከምዚ ካብ ኮነ፡ ዋላ እኳ ሰብ እንተኾነ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ዝፈልጦ ነዚ ነገር'ዚ ከመይ ኣይፈልጥን፡ ንሱስ ኣምላኽ ብምኻኑ ኾሉ ይፈልጥ እዩ።1ይ ቆሮ 2፡10-12።
፴፪ ውእቱ ይሴአል በእንተ አልዐዛር ወይቤ አይቴ ቀበርክምዎ ከመ ይረሲ መካነ ለጥንተ ትስብእቱ ዘኢየአምር ኅቡኣተ ወበመለኮቱ አንሥአ እምነ ሙታን ለምግባራተ ትስብእት ንሬስዮ ለሥርዓተ ሥጋዌሁ ለክርስቶስ	32 ንሱ፡ ‹ኣበይ ቀበርኩምዎ› ኢሉ ብዛዕባ ኣልኣዛር ሓተተ። እዚ ኸኣ ነቲ ፍልጠት ኣምላኽነት ዘይፈልጥ ንዝነበረ ሥጋ ገንዘቡ ሂቡ ምእንቲ ክዛረብ እዩ። ብሥልጣኑ ካብ ሞት ፈልዩ ኣተንሥኦ። ንሥራሕ ሰብነት ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምኻን ሥርዓት ጌርና ንዛረብ ኣሎና። ንሥራሕ ኣምላኽነት ድማ ምስ ሥራሕ

ዘቂርሎስ ም. ፎ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ወለምግባራትሂ ዘይደሉ ለመለኮት ነዐቅቦ ምስለ ዝኩ ወንሬስዮ ለመለኮት እንዘ ከማነ ቃለ እግዚአብሔር አብ። ዮሐ ፲፭፡፴፬-፴፮።	ሰብነት ሓደ ጌርና ቃል እግዚአብሔር አብ ከማና ሰብ እንከሎ ሥራሕ ኣምላኽነት ሠርሐ ኢልና ንዛረብ ኣሎና። ዮሓ 11፡34-45።
፴፫ ወካዕበ ይቤ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸርሐ በቃል ቅዱስ እንዘ ይብል አምላኪየ አምላኪየ ለምንት ኀደገኒ ቦኑ ይትበሀል ከመ ቃለ እግዚአብሔር ይፈቅድ ረድኤተ እምሰማይ ወዝንቱ ጸሪፍ ውእቱ ጥቀ ይትበሀል ከመዝ እስመ ሥሉጥ ውእቱ ላዕለ ኵሉ ዘከመ አብ ወሰማያትኒ ይጸንዓ በመንፈሱ ወውእቱ ይሰመይ ዘበጽድቅ እግዚአ ኃይላት እስመ ለሊሁ አምላክ ዘበአማን። መዝ ፷፪(፷፩)፡፩። ፴፫(፴፪)፡፮። ፻፪(፻፩)፡፳፭-፳፯። ማቴ ፳፯፡፵፮-፵፱።	33 ደጊሙ ቂርሎስ ከምዚ በለ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽይ ኣምላኽይ ንምንታይ ኃደግካኒ ክብል ብልዑል ቅዱስ ቃል ከም ዝጨርሐ፥ ብሓቂ እግዚአብሔር ቃል ካብ ሰማይ ሓገዝ ይደሊ እዩ ክበሃል ይክኣል ድዩ፧ እዚ ሓጋዚ ይደሊ እዩ ኢልካ ምዝራብ ፍጹም ክሕደት እዩ። ከመይ! ከም አብ ኻሊኡ ፈጢሩ ዝገዝእን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ብምኻኑ ሰማያት ብሥልጣኑ ጸኒያም ዝነብሩን እዩ። ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ እሞ ንሱ ብሓቂ ናይ መላእኽቲ ፈጣሪ ይበሃል። መዝ 22 (21)፡1። 33(32)፡6። 102(101)፡25-27። ማቴ 27፡46-48
፴፬ ወባሕቲቱ አብሐሙ ለአይሁድ ይፈጽሙ ዓመፃሆሙ ላዕሌሁ ወኢተጸብአ ግሙራ ምስለ እለ ሰቀልዎ ኢሳይያስኒ ነቢይ ይቤ ከመዝ በእንቲአሁ እመሰ ኮሎሙ አሕዛብ እሙንቱ በኀቤሁ ከመ ነጥበ ማይ እምነ ማኅየብ ወጕሉቃን በቅድሜሁ ከመ ለጽሊፀ መዳልው ለምንትኒ ታስተማስልዎ ለእግዚአ ኃይላት ወበዓይ አምሳል ወአርአያ ታሜርይዎ።ኢሳ ፶፡፲፭-፳፩።	34 ግና አብ ልዕሊኡ ኣይሁድ ዐመፃኦም ኽፍጽሙ ፈቐደሎም።ምስቶም ዝሰቐልዎ ውን ፈጺሙ ኣይተኸራኸረን። ነቢይ ኢሳይያስ ውን 'ኮሎም ኣሕዛብ ብእኡ ከም ነጥቢ ማይ ካብ ዕትሮ፡ ከም በሰር ኣብ ሚዛን ኣብ ቅድሚኡ ዝቕጸሩ ካብ ኮኑ፥ ንጐይታ ብምንታይ ተመሳሰልዎ፡ ምስ ኣየናይ ኣካልን መልክዕን ከተነጻጽርዎ ኢኹም፡' በለ። ኢሳ 40፡ 15-25።
፴፭ ናሁ አእመርነ ከመ ሶበ በጽሑ ኀቤሁ ወአልተ አይሁድ ከመ የአኀዝዎ ወምስሌሆሙ ብዙኃን እምነ ሐራ ወይሁዳ ከሐዲ ቅድሜሆሙ ወወጽአ እግዚእነ ኢየሱስ ኀቤሆሙ ወይቤሎሙ መነ ተኃሥሡ ወይቤልዎ ኢየሱስሃ ናዝራዌ ወይቤሎሙ መድኅን አነ ውእቱ ወሶበ ይቤሎሙ መድኅን አነ ውእቱ ተመይጡ ድኅሪተ ወወድቁ ዲበ ምድር እፎመ በዓይ አምሳል ይከውን ድኩመ እንዘ በቃሉ ባሕቲቱ ያዴውቅ ድካመ አይሁድ ሶበ መጽኡ የአኀዝዎ። ዮሐ ፲፰፡፩-፱።	35 ገላዉ ኣይሁድ ምስ ጭፍራ ወተሃደራት ብዙኃት ኮይኖም ከሓዲ ይሁዳ እናመርሐም ክጎዝዎ ናብኡ ምስ መጹ፥ ጐይታ ኢየሱስ ውን ናብኣም መጺኡ 'ንመን ትደልዩ ኣሎኹም፡' በሎም። ንሳቶም ድማ 'ንኢየሱስ ናዝራዊ' በልዎ። መድኃኔዓለም ከኣ 'ኣነ እየ' በሎም። 'ኣነ እየ' ምስ በሎም እናኣድኅሩኑ ናብ ምድሪ ጻሕ ኢሎም ከምዝወደቑ፡ እንሆ ፈለጥና። ክጎዝዎ ምስ መጹ በቲ ቓሉ ጥራይ ድኻም ኣይሁድ እናኣፍለጠ፡ ስለምንታይን ብኽመይን ድኻም ኣለዎ ይበሃል፡ ዮሓ 18፡1-9።

ዘቁርሎስ ም. ፎፀ	ዘቁርሎስ ም. 79
ፀፏ ወምንትኑ አጽሕቆ ይበል ይእዜ አምላኪየ አምላኪየ ለምንት ኀደገኒ ንሕነሰ ንቤ እስመ ሶበ አበሰ አዳም ቀዳሚ ወሄደ ትእዛዘ እንተ ተውህበት ሎቱ ወተህከየ ባሕቲቱ እምነ ሕግ ዘተአዘዘ ወበእንተዝ ኀደገ እግዚአብሔር እምኔሁ ህላዌ እንለ እመሕያው ወተረክበ መትሕተ መርገም ወሞየ ለሞት ወበእንተዝ ሠምረ እግዚአብሔር ከመ ያፍልስ ዳግመ ህላዌ ዚአነ ኀበ ኢሙስና። ዘፍ ፫፡፩-፲፱። ሮሜ ፭፡፲፬-፳።	36 ሎሚ ኣምላኸይ ኣምላኽይ ንምንታይ ኃደግካኒ ክብል እንታይ ኣትግሆ፡ ንሕና ኸኣ ከምዚ ንብል÷ ኣቐዲሙ ኣዳም ምስ በደለ፡ ዝተሠርዓትሉ ትእዛዝ ምስ ኣፍረሰ፡ ካብቲ ዝተሠርዓሉ ሕጊ ውን ርእሱ ምስ ፈለየ÷ በዚ ነገር'ዚ እግዚኣብሔር ንባህርይ ሰብ ካብኡ ኣርሒቑዎ ብምንባሩ ብፍዳ ተታኒዙ ሞት ነጊሡዎ ነበረ። ስለዚ ድማ እግዚኣብሔር ነቲ ናትና ባህርይ ደጊሙ ናብ ዘይምልዋጥ ክመልሶ ፈተወ። ዘፍ 3፡1-19። ሮሜ 5፡14-20።
ፀፐ ወወረደ ቃለ እግዚአብሔር ውስተ ዓለም ወነሥአ ሥጋ እምዘርአ አብርሃም ወተመሰለ አኃዊሁ ከመ ያብጥል ውእቱ መርገመ ወሙስና ዘቅድም ዘገብአ ውስቴቱ እምቅድም ህላዌሁ ለእንለ እመሕያው ወሶበ ተሳተፈ መድኃኒነ ሥጋ ወደመ ከማነ ኰለቈ ርእሶ ከመ ፭ዱ እምኔነ ለነ እለ ኀደገነ እግዚአብሔር እምኔሁ በዐሊዎትነ ኪያሁ ይቤ አሜሃ ዘንተ ቃለ በእንተ ህላዌነ አምላኪየ አምላኪየ ለምንት ኀደገኒ ከመ ይስዐር በቃሉ መርገመ ዘረከበነ በበቀልኡ። ዕብ ፪፡፰-፲፰።	37 ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ እግዚኣብሔር ቃል ድማ ናብ'ዚ ዓለም'ዚ መጺኡ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ሥጋ ወሰደ። ነቲ ቅድም ንባህርየ ኣዳም ዝኃዝ ዝቐደመ ፍዳን መርገምን ኸኸጥፍእ ንኣኀዋቱ መሰለ። መድኃኒና ከማና ነፍስን ሥጋን ምስ ተዋሓደ ከም ሓደ ከማና ከምቶም ንእኡ ብምኽሓድና እግዚኣብሔር ካብኡ ፈልዩና ዝነበረ ንርእሱ ስለ ዝቈጸረ፡ ሽዑ ስለቲ ባህርይና ነዚ ቃልዚ 'ኣምላኸይ ኣምላኽይ ንምንታይ ኃደግካኒ' በለ። እዚ ኸኣ በዚ ዝተዛረቦ ቃሉ ጌሩ ነቲ ብምኽንያት ናይ ኣዳም ሕጊ ምፍራስ ዝረኸበና መርገም ኸኸጥፍእ ከም ዝኾነ ነዚ ንዛረብ ኣሎና። ዕብ 2፡8-18።
ፀፑ ወሰአሎ ለአብ ያኅልፍ እምኔነ መዐተ ዘረከበነ እምቅድም ከመ ዘለሊሁ ይኄልቍ ስእለተ ሎቱ እስመ ውእቱ ነሥአ አምሳሊነ ከመ ይስአሎ ለአብ በእንቲአነ ከመ ምዕረ ዳግመ ይዝክረነ ወኢይኅድገነ እምኔሁ ወኮነነ ጥንተ ወበኵረ ለኵሉ ምግባረ ሠናይ እግዚእነ ክርስቶስ ወጥንተ ሕይወት አስተዳለወ ለነ ከመ ዘይትሜነይ ይርከብ ግብረ እምኀበ አብ በትስብእቱ ወቅድመ አስተዳለወ ዘንተ ለህላዌ ዚአነ ውእቱሰ ፍጹም ውእቱ በርእሱ ወኢየሐጽየ ምንትኒ	38 ንሱ ንርእሱ ልመና ከምዝደሊ መሲሉ ነቲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝረኸበና ፍዳ ንከርጎኾ ንኣብ ለመኖ። እዚ ኸኣ ደጊሙ ከም ብሓድሽ ንክዝክረናን ካብኡ ንከይፈልየናን ምእንታና ንኣብ ንክልምኖ ባህሪና ስለዝወሰደ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሠናይ ግብሪ ጀማሪ ኣርኣያ ኮነና። ሰብ ብምኻኑ ካብ ኣብ ረድኤት ኸኽረክብ ከምዝደሊ መሲሉ፡ ንኣና ትንሣኤ ኣዳለወልና። ነቲ ናትና ባህርይ ኣቐዲሙ ውልድነት ኣዳለወ፡ ንሱ ግና ብባህሪኡ ፍጹም እዩ። ብባህሪኡ ፈጺሙ ምንም ጕድለት የብሉን። እቲ ዝወሰዶ ሥጋ

ዘቂርሎስ ም. ፍ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ግሙራ በመለኮት ወሥጋሂ እንከ ዘነሥአ ዘበአማን ኮነ ለሙቱ ለባሕቲቱ። ዕብ ፭፡፯-፲።	ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ንእኡ በይኑ ጥራይ ብሓቂ ገንዘቡ ኾነ። ዕብ 5፡7-10።
፴፱ ወንሕነ ነአምር ከመ ውእቱ ጥዕመ ሞተ በሥጋሁ ወግብርሂ ዘኮነ በሥር ዓት ዘሥጋ አኮ ጽሉእ በኀቤሁ ወኢምኑነ እስመ ሥጋሁ ባሕቲቱ ውእቱ ዘጥዕመ ሞተ ወአእመርነ ቅድመ ከመ ውእቱ ዘተወልደ እሙታን እንዘ ኢመዋቲ ውእቱ በህላዌሁ ወሕይወት ውእቱ በመለኮቱ።	39 ንሕና ውን ንሱ ብሥጋ ከምዝሞተ ንፈልጥ ኢና። እቲ ሰብ ኮይኑ ዝሠርሐ ሥራሕ፡ ብእኡ ጽሉእን ንዑቕን ኣይኮነን። ከመይ ካብ ነፍሲ ዝተፈልየን መለኮት ዝተዋሓዶን ሥጋኡ ጥራይ እዩ ሞት ዝጠዓመ። ብባህሪኡ ዘይመውት ብመለኮቱ ውን ሕይወት እንከሎ፡ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ኣቐዲሙ ዝተንሥአ ንሱ ምኻኑ ፈለጥና።
፴ ወሶበ መጠዎ አብ ይኩን ርእሰ ለቤተ ክርስቲያን ወወረደ ባሕቲቱ ኀበ ዘሠምረ አሜሃ ተብህለ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሞተ በእንቲአነ በትስ ብእቱ ዝውእቱ ዘኢመዋቲ በመለኮቱ ወውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ወበዕበዩ ዘኢይትነገር ወበእንተ ሥም ረቱ ተብህለ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ተትሕተ ወለብሰ አርአያ ገብር።	40 በኃ ምእመናን ንክሽውን **አብ** ንሕማም ንሞት ኣኀሊፉ ምስ ሃቦ፡ ከምኡ ውን ናብ ዝፈተዎ (ሰብ ናብ ምኻን) ኣብ ዝመጻሉ ጊዜ፡ ሽው ሰብ ብምኻኑ ንሱ ምእንታና ከምዝሞተ ተነግረ። ንሱ ድማ እቲ ብመለኮቱ ዘይመውት፡ ብጐይትነቱን ብዘይምርመር ክብሩን ምስ **አብ** ማዕረ ዝኾነ ንሱ እዩ። ብፍቓዱ ሰብ ብምኻኑ ንሱ ተዋረደን ናይ ግዙእ ባህርይ ገንዘብ ገበረን ተባሂሉ ተነግረሉ።
፴፩ ወእምዝ ዓርገ ውስተ ሰብሐቲሁ ውኀደገ ንዴተ ህላዌ ዘኮነ አሐደ ምስሌሁ ዘውእቱ ትስብእት ዘተዋሐደ ቦቱ ወበእንተዝ ተብህለ በእንቲአሁ ዘከመ ትስብእቱ ረከበ ስብሐተ መለኮቱ በኵሉ መዋዕል ዘእንበለ ውላጤ ወውእቱ እግዚእ ላዕለ ኵሉ እመሰ ወልድ ዘያፈቅሮ አብ ጥቀ ኮነ እግዚአ ላዕለ ኵሉ እፎመ ኢይከውን ነገሩ ጽዱቀ ወለእመኒ ነሥአ አርአያ ገብር ውእቱሰ ህልው በእግዚእናሁ ባሕቲቱ ወቦቱ ክብር ወስብሐት ዘመለኮት ዘውእቱ ላዕለ ኵሉ ወሙቱ ምስፍና ዘመንግሥት። መዝ ፹፱(፹፰)፡፳፰። ፻፵፭(፻፵፬)፡፲፫። ዳን ፬፡፴፪።	41 ብድኅር'ዚ ብጐይትነት ብክብሪ ዓረገ። ንዴት ናይቲ ንሱ ዝተዋሓዶን ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነን ባህርየ ሥጋ ኣጥፍኡ። ስለዚ ኸኣ እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ከይተለወጠ ኣብ ኵሉ ዘመኑ ናይ ቃል ክብሪ ናቱ ከምዝገበረ፡ ናይ ኵሉ ጐይታ ውን ከምዝኾነ ብዛዕባኡ ተነግረ። እቲ **አብ** ፈጺሙ ዝፈትዎ ወልድ ናይ ኵሉ ጐይታ ካብ ኮነ፡ ከመይ ነገሩ ሓቂ ዘይከውን፡ ዋላ እኳ ናይ ግዙእ ባህርይ እንተ ተዋሓደ ንሱስ ብጐይትነቱ ጥራይ ይነብር። ልዕሊ ኵሉ ዘሎ ናይ ጐይትነቱ ክብሪ ምስጋና ናቱ እዩ፡ ነገሥታት ዝሥዕረሉን ዝሾመሉን ሥልጣን ናቱ እዩ። መዝ 22(21)፡28። 145(144)፡13። ዳን 4፡32።
፴፪ ስማዕ ብፁዕ ጳውሎስ ሐዋርያ እንዘ ይብል እስመ ወልደ እግዚአብሔር ህልው እምቅድመ ዓለም ወአጽንዐ	42 ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ ንኵሉ ዓለም ዝፈጠረ ኵሉ ፍጥረት ብእኡ ጸኒዑ ዝነብር ዘይምርመር ንእግዚኣብሔር **አብ**

ዘቂርሎስ ም. ፷፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ኮሎ ዓለመ ዘቦቱ ኮነ ኮሉ ጽኑዐ አርአያሁ ለእግዚአብሔር ዘኢያስተርኢ ወካዕበ በእንቲአሁ ይቤ እስመ አብ ረሰዮ ርእሰ ሥጋሃ ለቤተ ክርስቲያን ወካዕበ ይቤ ኮነ በኵረ እምውታን እስመ ኢመዋቲ ውእቱ በህላዌሁ። ቈላ ፩፡፲፩-፲፱።	ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻከሎ ወልደ እግዚአብሔር ከምዝኾነ እቲ ብፁዕ ሓዋርያ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ስማዕ። አብ ናይ ምእመን ናይ ሓድነታ ጐይታ ከምዝገብሮ ደጊሙ ብዛዕባኡ ተዛረበ። ካብ ምዉታት ቀዲምካ ናይ ምትንሣእ ውን መራሒ ኮነ በለ። ከመይ ብባህርዩ ዘይመውት እዩ። ቈላ1፡15-19።
፸፫ ቃል ዘእምአብ ኮነ ሰብአ ከማነ በሥርዓተ ተዋሕዶ ወከመዝ አጽንዕዎ ከመ ውእቱ ፩ዱ መሢሕ እንዘ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ወውእቱ ፩ዱ ክመ መኑ ውእቱ ዘተረክበ ቦቱ ኮሉ መለኮት ፍጹም ወለእመ ሐለይነ ከመ ዝንቱ ኮነ ለህላዌ ቃል ባሕቲቱ ኢንስሕት ግሙራ በዝንቱ ነገር ወዝንቱ ስንዕው ምስለ ንባብነ ከመ ቃል ዋሕድ ባሕቲቱ ኮነ ቦቱ። ቈላ ፪፡፱።	43 ካብ አብ ዝተረኽበ ቃል፡ ሥጋ ብምውሕሓዱ ከማና ሰብ ኮነ። ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ብምኻኑ ሓደ ክርስቶስ ከምዝኾነ መጻሕፍቲ ንእኡ ከምዚ ኢሎም መሃሩና። ንሱ ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ፍጹም መለኮት ገንዘቡ ዝኾነ መን እዩ፧ እዚ ዝተነግረሉ ንባህርየ ቃል ጥራይ በይኑ ከምዝኾነ እንተ ደኣ ፈሊጥና፡ በዚ ነገር'ዚ ፈጺምና ኣይንጋገን ኢና። እዚ ድማ ምስቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ በይኑ ቃል ጥራይ ሥጋ ኮነ ዝበልናዮ፡ ዘረባና ሓደ እዩ። ቈላ 2፡9።
፸፬ ወእመኒ ንቤ ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ኢተመይጠ ወኢተወለጠ ወባሕቱ ኮነ ምስሌነ አሐደ ወለሥጋኒ ዘኮነ አሐደ ምስሌሁ ዘበአማን ውእቱ ፈጠሮ ለሙቱ ለባሕቲቱ መቅደሰ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወሠናይ ለነ ይእዜ ንንግር ልደቶ ጽዱቀ ለቃል በሥጋ ዘተዋሐደ ኪያሁ ቦቱ።	44 ‘ቃል ሥጋ ኮነ’ እንተ በልና ውን ምስ ባህሪና ደኣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ እምበር ፈጺሙ ኣይተለወጠን። ንሱ ንክዋሓዶ፡ ነቲ ብሓቂ ምስኡ ሓደ ዝኾነ ሥጋ እትዛረብ ነፍሲ ዘለዎ ፍጹም ኣካል ጌሩ ፈጠሮ። ቃል ቦቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ብሓቂ ከምዝተወልደ ኽንዛረብ ሕጂ ንኣና ይግብኣና እዩ።
፸፭ ወይመርሐነ በዝንቱ ዝኩ መንክር ጳውሎስ ብፁዕ ወይብል ከመ ኮሉ መለኮት ፍጽም ኃደረ በሥጋ አኮ በረባሕ ወኢበነሢእ ወኢበሀብተ ጸጋ አላ ሥጋዌ በከዊነ ፩ዱ ህላዌ ። ፪ቆሮ ፩፡፲፰-፳። ቈላ ፪፡፰ ።	45 እዚ ብፁዕን መንክርን ጳውሎስ ውን፥ ‘ፍጹም ምሉእ መለኮት ኣብ ሥጋ ኃደረ’ ብምባል በዚ የረድኣና። ሰብ ምኻን ቦቲ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን እዩ እምበር ብጸጋ ብጎድረት ብምጽዋት ኣይኮነን።2ይ ቆሮ 1፡18-20። ቈላ 2፥8።
፸፮ ወበከመ ንቤ እስመ መንፈሱ ለሰብእ ህልው ውስቴቱ ወአኮ ውእቱ ካልእ ውጹእ እምነ ሰብእ ወከመዝ ነአምን በእግዚአብሔር ከመ ውእቱ ተሠገወ በትስብእት ወይሰገድ ለሙቱ በሥጋሁ እስመ ኮነ ሰብአ ወቃለ ሃይማኖት ዘሰበከ ቦቱ ጳውሎስ ብፁዕ ይከሥት ዘንተ እንዘ ይብል ለእመ አንተ	46 ናይ ሰብ ነፍሲ ንእኡ ዝተዋሓደ እዩ፡ ካብ ሥጋ ዝተፈልየ ካልእ ኣይኮነን ከምዝበልና፡ ንሱ ነፍስን ሥጋን ከም ዝተዋሓደ ብእግዚአብሔር ከምዚ ኢልና ንኣምን። ሰብ ውን እንተኾነ ብሥጋኡ ይስገደሉ እዩ። ብፁዕ ጳውሎስ ዝመሃሮ ቃለ ሃይማኖት ውን፥ 'ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ፈጣሪ ምኻኑን እግዚአብሔር ካብ ምዉታን ፈልዩ

ዘቂርሎስ ም. ፹፱	ዘቂርሎስ ም. 79
አመንከ በአፉከ ወአመንከ በልብከ ከመ ኢየሱስ ውእቱ እግዚእ ወከመ እግዚአብሔር አንሥኦ እሙታን አንተ ተሐዩ። ሮሜ ፲፡፱።	ከምዘተንሥአን ንሸኻ ብልብኻ እንተ ኣመንካ ብቓልካ ውን እንተ ተዛረብካ ንሸኻ ክትከብር ኢኻ' እናበለ ነዚ የረድእ። ሮሜ 10፡9።
፹፯ ወሶበ ንቤ ከመ ውእቱ ተንሥአ እሙታን እፎኑ ይከውን መዋቲ በህላዌ መለኮቱ ወዳእሙ ለሊሁ በፈቃዱ ነሥአ ዐቅመ ትስብእት ዘከነ ቦቱ ወንሕነ ነአምር ከመ ውእቱ ለብሰ ሥጋ መዋቴ ወረሰዮ ዘዚአሁ ወቦቱ ተዓገሠ ሞተ በትስብእት ወሐይወ በመለኮት እስመ ሎቱ ሐይው ወኢሙስና።፪ቆሮ ፲፫፡፬። ፩ጴጥ፫፡፲፱።	47 ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥአ እንተበልና፡ ከመይ ኢሉ ብባህርየ መለኮቱ መዋቲ ይበሃል፡ ንሱ ነቲ ዳጎራይ ዝተገልጸሉ ባህርየ ሥጋ ብፍቓዱ ተዋሓደ። ንሱ ሞት ንዝሰማምየ ሥጋ ከምዝተዋሓደን ገንዘቡ ከምዝገበሮን፡ ብሥጋ ከምዝሞተን ሕያውነትን ዘይምልዋጥን ናቱ እዩ እሞ ብመለኮቱ ሕያው ከምዝኾነን ንፈልጥ ኢና። 2ይ ቆሮ 13፡4። 1ይ ጴጥ 3፡19።
፹፰ ወለእመሂ ተናገርነ ንሕነ ነገረ ዘይደሉ ለትስብእት ዝንቱ ኢያነውር ህላዌሁ ለቃል በምንትኒ እምነ አምሳል እስመ ሥጋ ትስብእት ሕፁፀ ጥቀ ኀበ መለኮት በእንተ ሕማመ ሞቱ ወአኮ በክብር ወበስብሐት እስመ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ በተዋሕዶ።	48 ንሕና ውን ነቲ ሰብ ምኻኑ ዝግብኦ ነገር እንተተዛረብና፡ እዚስ ብዝኾነ ነገር ንባህርየ ቃል ኣየንቅፍን እዩ። ከመይ ሥጋ ሕማምን ሞትን ስለዘለዎ ካብ መለኮት ዝንእስ እዩ። እንተኾነ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ ግና ምንኣሉ ብኽብሪ ብጕይትነት ኣይኮነን።
፹፱ ወንሕነ ነአምን ሠናየ ከመ ውእቱ ኮነ ሰብአ ከማነ ወኢሂ ወጽአ እምነ መለኮቱ ግሙራ ወኢተወለጠ አላ ነሥአ ሎቱ ትስብእተ ወነበረ ክመ በመለኮቱ ወተአዘዘ እስከ ለሞት በልደት ሥጋዌ እንዘ ውእቱ ይመልእ። ፊል ፪፡፩-፱።	49 ንሕና ውን ንሱ ከማና ሰብ ከምዝኾነ፡ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ኵሉ ሳዕ ብመለኮቱ ጸኒዑ ይነብር እምበር ካብ መለኮቱ ፈጺሙ ከምዘይተፈልየን ከም ዘይተለወጠን በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንኣምን። ሕማምን ሞትን ዝስዕር ክኸውን ከሎ፡ ቦቲ ብሥጋ ዝተወልዶ ልደት ክሳዕ ሞት ተኣዘዘ። ፊል 2፡5-9።
፺ ወሊተሰ ይመስለኒ ከመ ዝንቱ ውእቱ ዘተዜነውናሁ ወክሡት ውእቱ ለኵሉ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘወረደ ኀበ ዐቅመ እጓለ እመሕያው በሥርዓት ዘበእንቲአነ ወኢወጽአ እምነ መለኮቱ ግሙራ ወኢኀደገ እምኔሁ ህላዌሁ አላ ነሥአ ዘኢዚአሁ ከመ ይኩን ሎቱ ለባሕቲቱ ሥጋ ወኪያሁ ዘመጠዎ ለሞት ኀዳጠ መዋዕለ። መዝ ፹፰(፹፱)፡፪-፬። ዮሐ ፪፡፲፱-፳፫። ፲፡፲፮-፲፱።	50 ንኣይሲ እቲ ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ እዚ ይመስለኒ። ቦቲ ምእንታና ዝገበሮ ተዋሕዶ ባህርየ ሰብ ንክዋሓድ ዝመጸ እግዚኣብሔር ቃል ከምዝኾነ ንኵሉ ግሉጽን ፍሉጥን እዩ። ፈጺሙ ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን፡ ንባህሪኡ ውን ካብኡ ኣይፈለዮን። ሥጋ ንእኡ ጥራይ ገንዘብ ንክኸውን፡ ነቲ ገንዘቡ ዘይነበረ ባህርይ ገንዘቡ ገበረ እምበር። ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ንሞት ኣጎሊፉ ዝሃቦ ንእኡ እዩ። መዝ 88(87)፡2-4። ዮሓ 2፡19-23። 10፡16-19።

ዘቂርሎስ ም. ፹፱	ዘቂርሎስ ም. 79
፶፩ ወኢያማሰነ እምነ ዘወሀቦ አብ ወኢአሐደሂ አላ አድኃኖሙ ፈድፋደ ወአንሥአሙ በደኃሪት ዕለት እፎኑ ያነሥአሙ ዘእንበለ ዳእሙ በእንተ ትንሣኤ ባሕቲቱ እምነ ምውታን ወግብሩሂ ክሡት እስመ ሶበ አሕየወ መቅደሰ ባሕቲቶ ወአንሥአ እምቅድመ ኵሉ ወአብጠለ ኃይሎ ለሞት በሞተ ሥጋሁ ዘተዋሐደ ቦቱ ወኮነ ለህላዌነ ፍኖተ ለኀበ ትንሣኤ ወወህበነ አምሳለ በዘቦቱ ንመውዕ ሙስና ። ዮሐ ፭፡፳፰-፴። ፮፡፵-፵፬። ፲፯፡፲፪። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፫-፶፰።	51 ነቲ እብ ብሃብቲ ስሒቡ ብረድኤት ኣኾሪቡ ካብ ዝሃቦ ካብ ምእመናን ንሓደ እኳ ኣየጥፍአን። ፈጺሙ ኣድኃኖምን በታ ዳጎረወይቲ መዓልቲ ኣተንሥኦምን እምበር። ከመይ ኢሉ የተንሥኦም፡ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ንሱ ጥራይ ስለ ዝተንሥኣ እዩ እምበር። ነቲ ሥጋኡ ጥራይ ሕያው ጌሩ ቅድሚ ኵሉ ምስ ኣተንሥኦ፡ ከምኡ ውን በቲ ዝተዋሓዶ ሥጋን በቲ ዝሞቶ ሞትን ሥልጣን ሞት ኣብ ዘጥፍኣሉ ጊዜ፡ ንባህርይና ናብ መገዲ ትንሣኤ ዘብጽሕ ከምዝኾነ ነገሩ ግሉጽ እዩ። ነቲ ሕማምን ሞትን እንስዕ ረሉ ገንዘብ ንእኡ ምምሳል ሃበና። ዮሓ 5፡28-30። 6፡40-44። 10፡27-30። 17፡12። 1ይ ቆሮ 15፡53-58።
፶፪ ወንሬእዮ ለቃለ እግዚአብሔር ዘመጽአ እምሰማይ በኵረ ምውታን በሥጋሁ ባሕቲቱ ከመ ሶበ ተንሥአ ይትልውዎ እለ ወህቦሙ ሎቱ አቡሁ ወኢይማስኑ እንከ በዐሊወተ አዳም ቀዳማይ ብእሲ አላ ፈድፋደሰ እሙንቱ ይድኅኑ በእንተ ተአዝዞቱ ለእግዚእነ ክርስቶስ። ሮሜ ፬፡፳፭። ፭፡፲፱። ቈላ ፩፡፲፰።	52 ካብ ሰማይ ዝመጸ እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋኡ ጥራይ በኵሪ ምዉታን ከይኑ ከምዝተንሥኣ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ዝተንሥኣሉ ጊዜ፡ እቶም ኣቦኡ ብሃብቲ ስሒቡ ብረድኤት ኣኾሪቡ ንእኡ ዝሃቦም ምእመናን፡ ብትንሣኤ ኽመስልዎ እዮም። ፈጺሞም ይድኅኑ እምበር ብምኽንያት ውድቀት ቀዳማይ ሰብኣይ ኣዳም ፍጹም ፈሪሶም በስቢሶም ኣይተርፉን እዮም። ሮሜ 4፡25። 5፡19። ቈላ 1፡18።
፶፫ ወበእንተ ዝንቱ ለብሰ ቃለ እግዚአብሔር ማሕያዊ ህላዌ ዚአነ መዋቲ ወኮነ ሰብአ ከማነ ከመ አመ ረሰየ ፍኖተ ለሞት ኀቤሁ ወቀነፀ ዲበ ሥጋሁ ዘከመ አርዌ ገዳም ያብጥል ሙዓዶ እንተ ሞዐነ ወያእትት እስመ እግዚአብሔር ውእቱ ወለሊሁ ይእዜ ዘፈጸመ ሕማመ ሥጋ በእንቲአነ በትስብእቱ።	53 ስለዚ ድማ እቲ ዘድኅን እግዚኣብሔር ቃል ነቲ መዋቲ ናትና ባህርይ ተዋሒዱ ከማና ሰብ ኮነ። እግዚኣብሔር እዩ እሞ፡ ናብ ርእሱ ንሞት መገዲ ምስ ሃበ፡ ሞት ድማ ከም ኣራዊት በረኻ ኣብ ልዕሊ ሥጋኡ ኣብ ዝዘለለሉ ጊዜ፡ ነቲ ሞት ንኣና ስዒርሉ ዝነበረ ሥልጣን ንከጥፍእን ከርኅቕን፡ ሰብ ብምኻኑ ምእንታና ሕማመ ሥጋ ዝተቐበለ ንሱ እዩ።
፶፬ ወለእመ ንቤ በእንተ ቃል ከመ ውእቱ አምላክ ወኮነ ሰብአ በእንቲአነ ወዓዲመ ኢወጽአ እምነ መለኮቱ አላ ነበረ በዘዚአሁ ስብሐት ለዓለም ኵሎ አሚረ ዐቢይ ውእቱ ጥቀ ዘበአማን ወተዐውቀ ከመ ውእቱ ዓቢይ መለኮታዊ ። መዝ ፺፯(፺፮)፡፫-፲።	54 ኣምላኽ ከምዝኾነን ምእንታና ሰብ ከም ዝኾነን ናይ ቃል ነገር እኳ እንተ ተዛረብና፡ ግናኸ ካብ ጐይትነቱ ኣይተፈልየን። ኵሉ ሳዕ ንዘለዓለም ደኣ ብባህርየ ጐይትነቱ ጸኒዑ ይነብር እምበር። ብሓቂ ኣዝዩ ረቂቕ ኣምላኽ እዩ። ፍጹም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ውን ተፈልጠ። መዝ 145(144)፡3-13።

ዘቂርሎስ ም. ፷፱	ዘቂርሎስ ም. 79
፶፭ እንከሰ ክርስቶስ ኢኮነ ሰብአ ዘተውህቦ ክብር በተራክቦቱ ምስለ እግዚአብሔር ቃል በከመ ጸረፉ ዐላውያን ሰብእ አላ ለሊሁ እግዚእ ዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ነሥአ ሥጋ ሰብእ ወተዋሐደ ቦቱ በሥርዓት ወዝንቱ ውእቱ ምሥጢር ዓቢይ መለኮታዊ ወአስተርአየ ቃል በሥጋ እንዘ ውእቱ አምላክ ወጸድቀ በመንፈስ ወኢአበሰ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወኢበምንትኒ። ዮሐ ፲፩፡፶፭።	55 እምበኣር ከምቲ መናፍቅን ዝብልዎ፥ ክርስቶስ ምስ እግዚአብሔር ቃል ብጎድረት ሓደ ኾይኑ ናይ ጸጋ ክብሪ ዝተዋህቦ ሰብ ኣይኮነን። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልደ እግዚኣብሔር ንሱ ጐይታ ሥጋ ሰብ ወሲዱ ብከዊን ደኣ ተዋሓደ እምበር። ኣምላኽ ዝፈጸሞ ረቂቕ ምሥጢር እዚ እዩ። ቃል ኣምላኽ እንከሎ ብሥጋ ተገልጸ። ብመንፈስ ቅዱስ ውን ተፈልጠ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝኾነ ፈጺሙ ኣይበደለን። ዮሓ.15፡26።
፶፮ ወአስተርአየ ለመላእክት ተወሊዶ በሥጋ እስመ ኢርእይዎ እምቅድመ ይኩን ሰብአ ወይቤሉ ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ ወተሰብከ ውስተ አሕዛብ ወአምነ ቦቱ ዓለም ከመ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ዘአስተርአየ በሥጋ ። ሉቃ ፪፡፲፬። ፩ጢሞ ፫፡፲፮።	56 ብሥጋ ተወሊዱ ንመላእኽቲ ተራእዮም። ከመይ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ስለዘይረኣይዎ 'ኣብ ሰማያት ንእግዚኣብሔር ምስጋና ተገብኡ፣ ሰብ ውን ስለ ዝፈተወ ውን ኣብ ምድሪ ሰላም ኮነ' በሉ። ኣብ ኣሕዛብ ውን ተሰብከ። ብሥጋ ዝተገልጸ ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ኵሉ ዓለም ብእኡ ኣመነ። ሉቃ 2፡14። 1ይ ጢሞ 3፡16።
፶፯ ወኮኖ ሰማዕተ ዮሐንስ እንዘ ይብል ርኢኩ መንፈስ ቅዱስ እንዘ ይወርድ ዲቤሁ እምሰማይ ከመ ርእየተ ርግብ ወአንሰ ኢየአምሮ ወባሕቱ ዘፈነወኒ አጥምቅ በማይ ውእቱ ይቤለኒ ዲበ ዘርኢክ ይወርድ መንፈስ ቅዱስ ወነበረ ዲቤሁ ውእቱ ያጠምቅ በመንፈስ ቅዱስ ወበእሳት ወለልየ ርኢኩ ወአነ ሰማዕቱ ከመ ዝንቱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ክቡር። ዮሐ ፩፡፴-፴፫።	57 'መንፈስ ቅዱስ ብኣምሳል ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ክቕመጥ ከሎ ርኣኹ' ክብል ዮሓንስ መስከረሉ። 'እቲ ብማይ ኸጥምቕ ዝለኣኸኒ ደኣ ንሱ ኣብ ልዕሊ እቲ እትርእዮ ዘሎኻ መንፈስ ቅዱስ ክወርድ እዩ፣ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ብሓዊ ዘጥምቕ በለኒ እምበር፣ ኣነስ ኣይፈልጦን ነበርኩ። ኣነ ነዚ ርኣኹ፣ ንሱ ክቡር ወልደ እግዚኣብሔር ምኻኑ ድማ ምስክሩ ኣነ እየ' ክብል ዮሓንስ መስከረሉ። ዮሓ 1፡30-35።
፶፰ ወንሕነኒ ንቤ ይእዜ ከመ አማኑኤል ፩ዱ ወኢናበውሖሙ ይንብቡ ግሙራ ለእለ ይከፍልዎ ለክርስቶስ ጎበ ፪ኤቱ ወምንተ ንብል ሶበ ንሰምዕ ከመ መንፈስ ቅዱስ ወረደ እምሰማይ ወነበረ ዲቤሁ ወለእመ ፈቀድነ ከመ ንረሲ መካነ ለሕሊናነ ከመ ንበል እስመ ቃል ዘእምእግዚአብሔር አብ ፈቀደ ይንሣእ ምንትኒ እምነ መንፈስ ወዝንቱሰ ሕሊና ጠዋይ ውእቱ ጥቀ	58 ሎሚ ውን ንሕና ኣማኑኤል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ነቶም ንክርስቶስ ናብ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝኸፍልዎ፣ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢሎም ንክዛረቡ ሥልጣን ኣይንህቦምን። መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰማይ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ከምዝተቕመጠ ምስ ሰማዕና እንታይ ክንብል ኢና፡ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተረክበ ቃል፣ ካብ መንፈስ ቅዱስ ገለ ክብሪ ንክቕበል ፈተወ ብምባል ንልብና ምኽንያት እንተ ሃብና፣

ዘቂርሎስ ም. ፹፱	ዘቂርሎስ ም. 79
የሐልይዎ አው ይንብብዎ ግሙራ እስመ መንፈስ ቅዱስ ዚአሁ ውእቱ በከመ ውእቱ ዘአብ ። ዮሐ ፲፮፡፲፫-፲፭። ሮሜ ፰፡፱-፲፪።	ነዚ ብፍጹም ክዛረብሉ፡ ከኖ ውን ክሓስብዎ ዘይግባእ ሓሳብ እዩ። ከምቲ መንፈስ ቅዱስ ናይ አብ እስትንፋሱ ዝኾነ ናቱ ውን እስትንፋሱ እዩ። ዮሓ 16፡13-15። ሮሜ 8፡9-12።
፶፱ ወናሁ ይቤ ብፁዕ ጳውሎስ ወሶበ ኮንክሙ ውሉደ እግዚአብሔር ፈነወ እግዚአብሔር መንፈሰ ወልዱ ውስተ አልባቢክሙ ዘይጸርሕ ወይብል አባ ወዝንቱ ርስዓት ዓቢይ ከመ ይትአመንዎ ግሙራ ከመ ቃል ፈቀደ በህላዌሁ ኀበ ረድኤተ መንፈስ ቅዱስ ወበዝንቱ ግብር ይትዐወቅ ክሡተ እስመ ዘነበረ ዲቤሁ መንፈስ ቅዱስ በትስብእቱ ውእቱ ሶበ ከሠተ ለነ ሥርዓተ ትሥጉት። ገላ ፬፡፮።	59 እንሆ ብፁዕ ጳውሎስ፥ ‘ውሉድ እግዚአብሔር ምስ ኮንኩም ኣቦይ ኢሉ ዝጽውዕ፡ ንእስትንፋስ ወዱ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብኹም እግዚአብሔር ኣኀደረ’ በለ። ግና ‘ቃል ብባህሪኡ ረድኤት መንፈስ ቅዱስ ደለየ’ ኢሉም ክኣምኑ እዚ ዓቢይ ክሕደት እዩ። ነቲ ኣምላኽ ሰብ ዝኾነሉ ሥርዓት ኣብ ዝገለጸልና ጊዜ፥ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ርእሱ ዝተቐመጠ ሰብ ብምኻኑ ከምዝኾነ እዚ ሥራሕ እዚ ብግልጺ ይፍለጥ። ገላ 4፡6።
፷ ወጸሪፍ ውእቱ ይሕትት መኑሂ ምዕረ ዳግመ ዘከመ እፎ ወረደ ላዕሌሁ መንፈስ ቅዱስ ወአልቦ በውስተ ዝግብር ምክንያት ይትበሀል ከመ ውእቱ ነሥአ እምነ መንፈስ ቅዱስ ወፈድፋደሰ ሥርዓተ ትስብእቱ ይመ ርሐነ ኀበ ዝንቱ ጥዩቀ እስመ ውእቱ ኢነሥአ መንፈስ ቅዱስ በህላዌሁ አላ ውእቱ ነሥአ ለነ በእንቲኣነ ለእንለ እመሕያው እስመ ዓዲሁ መንፈስ ቅዱስ ኮነ ርኁቀ እምእለ የኀድሩ ዲበ ምድር። ዘፍ ፮፡፫።	60 ‘ከመይ ኢሉ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ከምዝተቐመጠ’ ኮሉ ሳዕ ዝኾነ ሰብ ኽምርምር እዚ ድፍረት እዩ። ‘ንሱ መንፈስ ቅዱስ ተቐበለ ክበሃል’ ኣብዚ ግብሪ እዚ ምኽንያት የልቦን። ዝያዳ እኳ ደኣ ሰብ ናይ ምኻኑ ምሥጢር (ተዋሕዶ) ነዚ ፈጺሙ የረድኣና እዩ። ብባህሪኡ ንመንፈስ ቅዱስ ገንዘብ ገበረ ኣይበሃል እዩ። ንኣና ንሰባት ንምሃብ ደኣ ብሥጋ ገንዘብ ገበረ ይበሃል እምበር። ከመይ፡ ካብዞም ኣብዚ ዓለም'ዚ ዝነብሩ ሰባት መንፈስ ቅዱስ ጌና ርኂቑ ስለዝነበረ እዩ። ዘፍጥ 6፡3።
፷፩ ወዓዲመ ለእመ ነሥአ መንፈሰ ቅዱሰ በትስብእቱ ወናሁ ርኢናሁ ዓዲ ይሁብ ውእቱ በመለኮቱ እስመ ውእቱ ይቤ ዲበ ዘርኢከ ይወርድ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ዘያጠምቅ በመንፈስ ቅዱስ ወዝንቱሂ ግብር ግብረ እግዚአብሔር እስመ ውእቱ ይፈኑ መንፈሶ ከመ ይኅድር ዲበ እለ ይጠመቁ እስመ መንፈሱ ውእቱ ለኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ወዓዲ ውእቱ መንፈሱ ለአቡሁ ። ዮሐ ፩፡፴፪። ግብ ሐዋ ፪፡፫-፭።	61 ከምኡ ውን ሰብ ብምኻኑ ንመንፈስ ቅዱስ ገንዘብ ገበረ እኳ እንተተባህለ፡ በዚ ድማ ኣምላኽ ብምኻኑ ክህብ ርኣናዮ። 'ኣብ ልዕሊቲ እትርእዮ ዘለኻ መንፈስ ቅዱስ ክወርድ እዩ፡ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዘጥመቕ' ስለዝበለ። ኣብ ልዕሊ እቶም ዝጥመቑ ሰባት ንክኅድር ንሱ መንፈሱ ይልእኽ እዩ እሞ እዚ ሥራሕ ኣምላኽ እዩ። ከመይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እስትንፋስ እዩ፡ ከምኡ ውን ናይ ኣቦኡ እስትንፋስ እዩ። ዮሓ 20፡22። ግብ ሐዋ 2፡3-5።

ዘቂርሎስ ም. ፷፱	ዘቂርሎስ ም. 79
፷፪ ወለእመ ኮነ ውእቱ ዝንቱ ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይነሥእ መንፈሰ ቅዱሰ ወዓዲመ ውእቱ ይሁብ ኪያሁ ወግብሩሂ ክሡት ከመ ዝንቱ ፩ዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ይነሥእ መንፈሰ ቅዱሰ ዘከመ ሥርዓተ ትሥጉቱ ወከማሁ ዓዲ ይሁብ ኪያሁ እስመ እግዚአብሔር ውእቱ በህላዌሁ ዘበአማን።	62 እዚ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንመንፈስ ቅዱስ ብእስትንፋስነት ገንዘብ ዝገብር ከምኡ ውን ዝህብ ካብ ኮነ÷ እዚ ሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምቲ ሰብ ብምኻኑ ዝግባእ ሥርዓት ንመንፈስ ቅዱስ ገንዘብ ዝገብር፣ ከምኡ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እየ'ሞ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝህብ ነገሩ ግሉጽ እዩ።
፷፫ ወለእመኒ ኃደረ ላዕሌሁ ዘከመ ትስ ብእቱ አኮ ዘኃደረ ላዕሌሁ በዘዚአሁ አላ ዲበ ህላዌ እጓለ እመሕያው ወፈድፋደሰ ውእቱ እምነቢሁ ወውእቱ ውስቴቱ ወምስሌሁ ለሊሁ እግዚእነ ክርስቶስ ወጠነ ለነ በአስተዳልዎቱ ወለሊሁ ይሁበነ ኪያሁ ዘከመ መለኮቱ እምህላዌሁ ባሕቲቱ ለሊሁ ይሁብ ኪያሁ ለእለ ረሰዮሙ ድልዋነ ለነሢኦቱ።	63 ሰብ ብምኻኑ እኳ ኣብ ልዕሊኡ እንተ ተቐመጠ፣ ብባህሪኡ ግና ኣብ ልዕሊኡ ዝተቐመጠ ኣይኮነን። በቲ ካብ ሰብ ዝወሰዶ ባህርይ እዩ እምበር። ዝያዳ ድማ መንፈስ ቅዱስ ካብኡ ንምእመናን ይወሃብ። ኣብኡ ህሉው እዩ፣ ምስኡ ውን ብምልኣት ይነብር። ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውልድነት ምሃብ ጀመረልና። ከም ጐይትነቱ ካብ ገዛእ ርእሱ ጥራይ ባዕሉ ንመንፈስ ቅዱስ ይህበና። ነቶም ንምኞባሉ ዘብቕየም ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ ይህብ።
፷፬ ወተመይጠ እግዚእ ኢየሱስ እምነ ዮርዳኖስ እንዘ ምሉእ መንፈሰ ቅዱሰ ወወፅአ በመንፈስ ገዳመ ወአመከሮ ሰይጣን ፵ መዓልተ ወ፵ ሌሊተ ወኢበልዐ ምንተኒ በውእቱ መዋዕል ወሶበ ተፈጸመ ርኁበ። ሉቃ ፬፡፩-፫።	64 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንህልውና መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ገሩ ኣመስኪሩ ካብ ዮርዳኖስ ተመልሰ። ብፍቓዱ ናብ በረኻ ከደ፣ ሰይጣን ውን 40 መዓልትን 40 ለይትን ፈተኖ። ኣብዘን 40 መዓልታት ድማ ገለ ኣይበልዐን፣ 40 መዓልቲ ምስ ተፈጸመ ጠመየ። ሉቃ 4፡1-3።
፷፭ ወደለዎ ለዘወረደ ይትመከር ወይትቃረኖ ለሰይጣን ዘሞዐነ ቀዳሚ ውተጸብአ በእንቲኣነ ወገደፎ መትሕተ ወአዕረቆ እምኃይሉ ወበእንተዝ ግብር መጽአ በሥጋ ዋሕድ ቅዱስ ያርእየነ ከመ ንሕነ ተሳተፍነ ፍጻሜሁ።	65 እቲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ንክፍተንን፣ ነቲ ቀደም ዝሰዓረና ሰይጣን ንክስዕሮን ተገብኡ። ምእንታና ተዋግኡ፣ ናብ ገሃነም ድማ ደርበዮ። ካብ ሥልጣኑ ሰዓሮ። ንሕና ፍጹም ክብሪ ከምዝረኸብና ኾነ። እቲ ሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ ነዚ ንምግባር ሰብ ኮነ።
፷፮ ወሶበ ጸመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በእንቲኣነ በኃይል ዘይደሉ ለመለኮቱ ከሠተ ሥጋሁ ከመ ኢሐመ ግሙራ እምነ ረኃብ ወጽምእ አላ ረሰዮ ዘዚአሁ ወተወክፈ ድካሞ ወይቤ ከመ ውእቱ ርኁበ ድኅረ በእንተ ምንት ርኁበ ዘእንበለ ዳእሙ ያጠይቀነ ከመ ውእቱ እምፀቱ ህላዌያት እስመ	66 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ምስ ጸመ፣ ንጐይትነቱ ብዝግባእ ኃይሊ እቲ ሥጋኡ ብጥሜትን ጽምእን ፈጺሙ ከምዘይተሰነፈ ኣረድኡ። እኳ ደኣ ናቱ ገሩ ደኻሙ ተቐበለ እምበር። ድኅሪ 40 መዓልቲ ከምዝጠመየ ተዛረበ፣ ስለምንታይ ጠመየ፣ ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ንከረድኣና ጥራይ እዩ እምበር።

ዘቂርሎስ ም. ፎ፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ውእቱ አምላክ ወሰብእ ክሡተ እንዘ ውእቱ ይትዋሐድ ተዋሕዶ ሠናየ ወአልቦ ለዘየሐምዮ ክሂል ከመ ይዝክሮ እስመ ውእቱ ክመ ህልው በመለኮቱ ወዓዲ በትስብእቱ ከመ ውእቱ እግዚእ በህላዌሁ።	ንሱ ሓቀኛ ተዋሕዶ ተዋሓደ። ብግልጺ ሰብ ዝኾነ አምላክ እዩ እሞ፡ ዝኸሓዶ ሰብ ስሙ ንክጽውዕ ዓቕሚ የብሉን። ምክንያቱ ንሱ ኵሉ ሳዕ ብጐይትነቱ ጸኒዑ ይነብር ከምኡ ውን ንሱ ብባህሪኡ ጐይታ ብምኻኑ ሰብ ስለዝኾነ ምልዋጥ የብሉን።
፷፯ ወለእመኒ ኮነ በአርአያ ገብር ውእቱሰ ህልው በግብር ዘህሎ ቦቱ ቅድመ ወከመዝ ንብል ከመ ውእቱ ነሥአ ሚመተ ክህነት ሶበ ኮነ ሰብአ ከማነ ወሎቱ አእላፋት ወትእልፊተ አእላፋት ላእካን በውስተ ሰማይ ያዐርጉ ሎቱ መሥዋዕተ ልቡና ዘእንበለ ደም ዘውእቱ ውዳሴ ወስብሐት ወክብር ዘይሴብሕዎ ቦቱ እስመ ኮነ አሐደ ዘምስለ ትስብእት ዘነሥአ በአርአያነ ሐመ በሥጋ እንዘ ውእቱ ኢሐማሚ በህላዌሁ። ኢሳ ፮፡፩-፬። መዝ ፻፫(፻፪)፡፳። ፻፵፰(፻፵፯)፡፪። ራእ ዮሐ ፭፡፲፩-፲፫።	67 ብባህርይ ባርያ እኳ እንተ ተገልጸ፡ ንሱስ ቦቲ ቅድም ዝነበሮ ባህሪኡ ጸኒዑ ዝነብር እዩ። ሰብ ኮነ ከምዝበልና ንሱ ከማና ሰብ ምስ ኮነ ሚመተ ክህነት ገንዘቡ ከም ዝገበረ ንዛረብ ኣሎና። ቍጽሮም ብዙኅ ዝኾነ ኣገልገልቲ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ናይ ላም ወይ በጊዕ ደም ዘይኮነስ ናይ ልቡና መሥዋዕቲ የቕርብሉ። እዚ ድማ ውዳስ ስቡሕ ክቡር እናበሉ ዘመስግንዎ ምስጋና እዩ። ምስቲ ብምስልና ዝወሰዶ ትስብእት ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ፡ ብባህሪኡ ዘይሓምም እንከሎ ብሥጋ ሓመመ። ኢሳ 6፡1-4። መዝ 103(102)፡20። 148(147)፡2። ራእ ዮሓ 5፡11-13።
፷፰ ሶበ ተወክፈ ዘይደሉ ለእኁለ እመሕያው ወግብራቲኒ ዘተመከረ ቦሙ ይእዜ ከመ ንትሉ ንሕነ አሠረ ዚአሁ ወውእቱ መዋዔ ኵሉ ኃጢኣት በመለኮቱ ኮነ ሊቀ ካህናት በትስብእቱ ወከመ ላእክ ሥዐ ሥጋሁ ንጹሐ ለእግዚአብሔር አብ በእንቲአነ ወአዕረጎ መሥዋዕተ ወዕጣነ ኅሩየ እንዘ በመለኮቱ ኢሐማሚ።ዕብ ፯፡፳፰።	68 ኑቲ ንሰብ ዝግባእን ዝተፈተኖም ሥራሓትን ገንዘብ ምስ ገበረ፡ እዚ ሎሚ ንሕና ንእኡ ኣብነት ጌርና መከራ ኀኽንቅበል እዩ። እቲ ብመለኮቱ ንኵሉ ኃጢኣት ዘጥፍእ ንሱ ሰብ ብምኻኑ ኣተዓራቒ (ሊቀ ካህናት) ኮነ። ከም ኣገልጋሊ ውን ንንጹሕ ሥጋኡ ንእግዚኣብሔር አብ ምእንታና ሠውኦ። ብመለኮቱ ዘይሓምም እንከሎ ንእኡ ቅቡል መሥዋዕትን ኅሩይ ዕጣንን ገሩ ኣቕረበ። ዕብ 7፡28።
፷፱ ወእመኒ ሐመ በትሰብእቱ ውእቱሰ መዋዔ ኃጢኣት ውእቱ እስመ ህላዌ መለኮቱ ኢይትዌለጥ ግሙራ ወውእቱ መዋዔ በኵሉ ወርሑቅ እምኄሁ ኃጢኣት ወዝ አምሳለ መልእክቱ ወዘተብህለ በእንቲአሁ በዘኮነ ቦቱ በዝየ መለኮታዊ ግብር ውእቱ። ሚል ፫፡፮። ዕብ ፯፡፳፭።	69 ሰብ ብምኻኑ እኳ እንተሓመመ፡ ንሱስ ኃጢኣት ዘጥፍእ እዩ። ባህርየ መለኮቱ ብፍጹም ኣይልወጥን እዩ። ብኵሉ ኃጢኣት ዘጥፍእ እዩ፡ ኃጢኣት ውን ካብኡ ዝረሓቐ እዩ። እዚ ድማ ሰብ ዝኾነሉ ግብሪ እዩ። ስለቲ ኣብዚ ዓለምዚ ዝተገልጸሉ ባህርይ፡ ዝተነግረ ንሱ ግብሪ ኣምላኽነት እዩ። ሚል 3፡6። ዕብ 7፡26።
፸ ወለእመኒ ይሰብኩ ቦቱ ከመ ውእቱ ኮነ በዐቅመ እኁለ እመሕያው ከማነ	70 ዋላ እኳ ከማና ብመጠን ሰብ ከምዝተገልጸ እንተተዛረብሉ፡ ነቶም

ዘቂርሎስ ም. ፸፱	ዘቂርሎስ ም. 79
ቦቱ ክሂል ከመ ያድኅኖሙ ለእለ አምኑ ቦቱ በመንፈሱ ባሕቲቱ ወያጽድቆሙ በስብሐት ወጸጋ እስመ ሥውዕ በእንቲአሆሙ ለእግዚአብሔር አብ።	ዝኣምንዎ ቦቲ ሥልጣኑ ጥራይ ኽኸድጎ ኖም፣ ብኽብርን ብጸጋን ውን ንዝኽብሮም ሥልጣን ኣለዎ። ምኽንያቱ ምእንታኦም መሥዋዕቲ ኾይኑ ንእግዚኣብሔር አብ ቀሪቡ እዩ።
፸፩ ወአስተርአየ ይእዜ ቅድመ እግዚአብሔር በእንቲአነ ወበዓይ ገጽ ኢኮነ ክሡተ ቅድመ እግዚአብሔር እምቅድመ ይሠጎ አላ ውእቱሰ ክሡት ኀቤሁ ወገባሬ ኵሉ ውእቱ በዕረፍት ዘእንበለ ፃማ ወውእቱ ጥበቡ ለአብ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።	71 ሎሚ ውን ምእንታና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተገልጸ። ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ስለ ምንታይ ዘይተገልጸ፡ ንሱስ ብህልውናኡ ዘሎ፣ ብዘይ ድኻም ንኵሉ ዝፈጠረ፣ ኵሉ ውን ዝተፈጥረሉ ናይ አብ ጥበብ እዩ እምበር። ዮሓ 1፡1-18።
፸፪ ወበዓይ አምሳል አስተርአየ ይእዜ ቅድመ እግዚአብሔር አስተርአየ በግብር ሐዲስ ቃል ቅዱስ ለቢሶ ሥጋ ከማነ እንዘ ውእቱ ህልው በመለኮቱ ኀበ አብ እምቅድመ ዓለም ወእምቅድመ ይሠጎ ወአስተርአየ ይእዜ ቅድመ እግዚአብሔር በእንቲአነ በህላዌነ።	72 ሎሚ ኸ በየናይ ሥራሕ ብምንታይ ነገር እዩ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝተገልጸ፡ ኣምላኽ ቃል ከማና ሰብ ኮይኑ ብሓድሽ ሥራሕ ተገልጸ። ዓለም ከይተፈጥረ ሥጋ ውን ከይተዋሓደ ብመለኮቱ ኣብ አብ ህልው ክኸውን ከሎ፣ ሎሚ ምእንታና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቦቲ ባህሪና ብኣተዓራኽነት ተገልጸ።
፸፫ ወዝውእቱ አምሳል ዘንብል ከመ ውእቱ አስተርአየ ቦቱ ይእዜ ቅድመ እግዚአብሔር በእንቲአነ እስመ ውእቱ ከሠተ ቅድመ እግዚአብሔር አቡሁ ህላዌ እንለ እመሕያው ዘኮነ ኀሠረ በዐሊዎተ አዳም ወአቀሞ በዘዚአሁ ቅድመ እግዚአብሔር አብ ወአኮ ዘከመ ኮነ ቅድመ አላ አስተርአየ ከመ ብእሲ ከመ ያብአነ ለነሂ ዳዲ ቅድመ እግዚአብሔር አቡሁ ። ፊልጵ ፪፡፲፩። ኤፌ ፪፡፲፰።	73 ሎሚ ምእንታና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከም ዝተገልጸ እንዛረቦ ዘረባ እዚ እዩ። ብምኽንያት ናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ ተዋሪዱ ዝነበረ ባህርየ ሰብ፣ ባህሪኡ ጌሩ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ስለዝገለጸ፣ ቦቲ ናቱ ግብሪ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር አብ ኣቐሞ። ንኣና ዳግማይ ናብ ኣቦኡ እግዚኣብሔር ንኸቕርበና ሰብ ኮይኑ ደኣ ተገልጸ እምበር ከምቲ ቅድም ዝነበረ ኣይኮነን። ፊል 2፡11። ኤፌ 2፡18።
፸፬ ወዘሂ ተብህለ ከመ ውእቱ ተሰብሐ እምአብ በዓይ አምሳል ተሰብሐ እምአብ እንዘ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ወግብሩሂ ጥዩቅ ከመ ዝንቱ ነገር ይመስል ከመ ዘይብል ፍጡር ውእቱ ወኢተብህለ ዝንቱ ዘእንበለ ዳእሙ በእንተ ሥርዓተ ትስብእት ለሊሁ ይነሥእ ስብሐተ እምአብ በትስብእቱ እንዘ ለሊሁ እግዚእ ስቡሕ በመለኮቱ።	74 'ካብ አብ ብኽብሪ ተገልጸ' ዝተባህለ ውን፣ ናይ ክብሪ በዓል ቤት እንከሎ ብምንታይ ነገር ካብ አብ ተገልጸ ይበሃል፡ እዚ ነገርዚ ‹ፍጡር እዩ› ምባል ከም ዘስምዕ ግሉጽ እዩ። እዚ ግና ሰብ ብምኻኑ ደኣ እምበር ንካልእ ኣይተነግረን። ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እንከሎ፣ ሰብ ብምኻኑ ካብ አብ ንክብሪ ገንዘብ ይገብር።

ዘቁርሎስ ም. ፷፱	ዘቁርሎስ ም. 79
፷፭ ወለብዕለ ህላዌ መለኮት ንሕነ ንሬእዮ በልዕልና ስብሐቲሁ ዘውእቱ ላዕለ ኵሎሙ ፍጡራን ወአምጣነ ንዴተ ትስብእት ዘነሥአ ይትበሀል ከመ ውእቱ ተሰብሐ እምአብ ወዝንቱ ዓዲ ይትሜሰል ዘተብህለ ከመ ውእቱ ነሥአ ስብሐተ ወመንግሥተ ወሥልጣነ ላዕለ ኵሉ ነሚእሰ ይትበሀል በእንተ ዐቅመ ትስብእቱ ወንሕነ ነአምር ከመ ውእቱ እግዚአ ስብሐት በመለኮቱ ወይነብር ምስለ አብ ወአልቦቱ ሕፀፅ በምንትኒ እምልዕልና ስብሐተ ወላዲሁ ወኢእምነ ግብሩ ዘስንዕው በህላዌ መለኮቱ ዝውእቱ አምሳል ዘበተአምኖቱ ንከውን ዕሩያነ። ዳን ፯፡፲፫-፲፰። ዮሐ ፲፪፡፲፰። ፲፯፡፩-፭። ራእ ዮሐ ፲፪፡፲።	75 ናይ ባህርየ መለኮቱ ክብሪ ልዕሊ ኵሎም ፍጡራን እዩ። በቲ ልዑል ጐይትነቱ ከምዘሎ ንሕና ንፈልጥ ኢና። እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ክብሪ ዝደሊ ብምኻኑ ‹ካብ አብ ክብሪ ገንዘብ ገበረ› ይበሃል። እዚ ግና ንጐይትነትን ንመንግሥትን ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሥልጣንን ገንዘብ ከምዝገበረ ዝተነግረ የምስል። ክብሪ ገንዘብ ገበረ ዝተባህለስ ሰብ ብምኻኑ እዩ። ብመለኮቱ ናይ ክብሪ በዓል ቤት ከምዝኾነ፣ ምስ አብ ማዕረ ከምዝኾነ፣ ካብቲ ናይ ኣቦኡ ልዑል ጐይትነትን ብባህርየ መለኮቱ ሓደ ካብ ዝኾነሉ ግብሩን ውን ፍጹም ጕድለት ከምዘይብሉ ንፈልጥ ኢና። ኣሚንና ሓደ እኽነሉ ትምህርቲ ኽኣ እዚ እዩ። ዳን 7፡13-15። ዮሓ 12፡18። 17፡1-6። ራእ ዮሓ 12፡10።
፷፮ ወካዕበ እፎ ንክል ንነጽር ኵሎ ምሥጢረ ቅዱሰ ዘትስብእተ ዋሕድ ቃል ዘውእቱ አርአያሁ ለእግዚአብሔር አብ ወውእቱ እምኔሁ ዘይትዔረዮ በኵሉ ግብር ውእቱሰ የማኑ ጽኑዕ ዘፈጠረ ኵሎ ተብህለ ከመ ውእቱ አትሐተ ርእሶ በእንተ ትስብእቱ ዘነሥአ ወዓዲ ዐርገ ውስተ ስብሐቲሁ።	76 ከምኡ ውን፣ ናይቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ቃል ናይ ሰብ ምኻኑ ኵሉ ምሥጢር ክንፈልጥ ከመይ ጌሩ ይከኣለና፣ ንሱ ንእግዚኣብሔር አብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ካብኡ ዝተረኽበ ብኵሉ ሥራሕ ዝተኻኸሎ እዩ። ንሱ ንኵሉ ዝፈጠረ ጽኑዕ ረቂቕ ቅልጽሙ እዩ።ሥጋ ስለዝተዋሓደ ርእሱ ትሕት ኣበለ። ከምኡ ድማ ‹ናብ ክብሩ ዓረገ› ተባህለ።
፷፯ ወአኮ ስብሐት ነኪር ዘኢኮነ ሎቱ ቅድመ አላ ተመይጠ ኀበ ስብሐቲሁ ዘህሎ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም በልዕልና ክብሩ ዘቦቱ ተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ወዕርገቱሰ በስብሐት ዘትስብእቱ ውእቱ እንዘ ልዑል ወስቡሕ በኵሉ ጊዜ ኮነ ሰብአ ወዝ ውእቱ ተውላጠ ዘለብሰ ወትሕትና ዘተነግረ በእንቲአሁ ።	77 ግና ቅድም ናቱ ዘይነበረ ካልእ ክብሪ ኣይኮነን። በቲ ካብ እግዚኣብሔር አብ ዝተወልደሉ ልዑል ባህሪኡን ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ብዝነበረሉ ክብሩን ተገልጸ እምበር። ብምስጋና ዓረገ ምባሉ ውን ሰብ ብምኻኑ እዩ። ኵሉ ጊዜ ክቡርን ምስጉንን እንከሎ ሰብ ኮነ። እዚ ኽኣ እዩ በቲ ሰብ ምኻኑ ስለ ትሕትናኡ ለውጢ ኮይኑ ብዛዕባኡ ዝተነግረ።
፷፰ እንከሰ አምላክ ዘኮነ ሰብአ አመ አስተርአየ ኢተወሰከ ቦቱ ዘእንበለ ትስብእት ባሕቲቱ ንሕነሰ ንብል እስመ ሶበ ለብሰ ትስብእተ ተብህለ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሐመ እንዘ ውእቱ ፍጹም በስብሐት ወሎቱ ይደሉ ስብሐት ወአኰቴት። ❖ ❖ ❖	78 እምበኣር ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ኣብ ዝተገልጸሉ ጊዜ፥ እንትርፎ ሰብ ምኻን ካልእ ዝረኸቦ ክብሪ የልቦን። ንሕናስ፥ ብጐይትነቱ ፍጹም እንከሎ፥ ክብርን ምስጋናን ውን ኵሉ ናቱ እንከሎ፥ ንሱ ሥጋ ብምውሓዱ መከራ ተቐበለ ተባሂሉ ከምዝተነግረሉ ንዛረብ ኣሎና። ❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፹	ዘቂርሎስ ም. 80
ምዕራፍ ፹	**ምዕራፍ 80**
፩ ወካዕበ ነጽሩ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሶበ ነሥአ መንፈሰ ቅዱሰ በትስብእቱ እንዘ ውእቱ ፍጹም ኀበ አቡሁ በመለኮቱ ውእቱኒ ፈነወ መንፈሰ ቅዱሰ ኀበ ሰብእ እለ አምኑ ቦቱ ወአኮ ካልእ ዘረሰዮሙ ፍጹማነ አላ መንፈሰ ዚአሁ ወዘአቡሁ ውእቱ።	1 ከምኡ ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ባህርየ ኣቦኡ ብመለኮቱ ፍጹም እንከለ፡ ሰብ ብምኻኑ ንመንፈስ ቅዱስ ገንዘብ ከምዝገበረ እኳ እንተተነግረ፡ ንሱ ኣብቶም ዝኣመንዎ ሰባት መንፈስ ቅዱስ ከምዘኀደረ ኣስተውዕሉ። ፍጹማን ዝገበሮም ካልእ ኣይኮነን። ናቱን ናይ ኣቦኡን እስትንፋስ መንፈስ ቅዱስ እዩ እምበር።
፪ እንከሰ ገብረ ወልድ ግብረ አቡሁ እመ ወሀበ መንፈሶ ለእሊአሁ ለሊሁ ነሥአ መንፈሰ በትስብእቱ ወሥጠ ላዕለ ካልኣን ወወሀቦሙ እምፍጻሜሁ። ኢዩ ፪፡፳፰። ግብ ሐዋ ፪፡፲፰-፴፫።	2 እምበኣር ወልድ ነቶም ወገናቱ ምእመናን መንፈስ ቅዱስ ካብ ሃበ፡ ናይ ኣቦኡ ሥራሕ ሠርሐ። ሰብ ብምኻኑ ንመንፈስ ቅዱስ ገንዘቡ ገበረ፡ ኣብ ካልኦት ኸኣ ኣኀደረ። ካብቲ ፍጹም ሃብቱ ውን ሃቦም። ኢዩ 2፡28። ግብ ሓዋ 2፡18-33።
፫ ወዝንቱ ግብር ይደሉ ለእግዚአብሔር ወይትሌዐል ጥቀ እምእጓለ እመሕያው እንከሰ እስመ ቃል ለሊሁ አምላክ ዘአስተርአየ በአርአያ ሰብእ ወበእንተዝ ውእቱኒ ዓዲ ይነብር ምስለ እግዚአብሔር አቡሁ በ፩ዱ ህላዌ ወበ፫ቱ አካላት ንሰግድ ለእግዚአብሔር ወዝእምነት ኀቤነ ውኀበ መናፍስት እለ ውስተ አርያም ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ዘሥሉስ ቅዱስ ኮኑ ዕበይ ወክብር ይደሉ ለባሕቲቶሙ ወኮኑ ኮነ በአምላክነ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	3 እዚ ሥራሕ'ዚ ንእግዚአብሔር ይከኣሎ እዩ። ንሰብ ግና ፈጺሙ ከቢድ እዩ። እምበኣር ሰብ ኮይኑ ዝተገልጸ ንሱ ኣምላኽ ቃል እዩ እሞ ምስ ናይ ባህርይ ኣቦኡ ማዕረ ሓደ ኮይኑ ይነብር። ብባህርይ ሓደ፡ ብኣካል ሠለስተ ኢልና ንእግዚአብሔር ንሰግድ። ንሕና እንኣምኖን ኣብ ኣርያም ዘለዉ መላእኽቲ ዝኣምንዎን ሃይማኖት እዚ እዩ። ናይ ሥላሴ ባህርይ ሓደ እዩ፡ ፍጹም ጐይትነትን ክብርን ንበይኖም ይግባእ። ኮኑ ብፈጣሪና ብኣብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ ተፈጥረ።
፬ ወለእመ ተብህለ በእንተ አብ ከመ ውእቱ ማሕየዊ ዘእንበለ ኑፋቄ እስመ ለዝንቱ ግብር ወልድኒ ይገብሮ ዓዲ ወይገብሮ መንፈስ ቅዱስሂ ወለእመ ገብረ ወልድ ሕይወተ ለእለ ይፈቅድዎ ለሕይወት እስመ ኢይገብር ዘንተ ዘእንበለ ፈቃደ አቡሁ ዘይትዔረዮ እስመ ቦቱ በርእሱ ዘአብ ወላዲሁ ።	4 ዋላ እኳ **ኣብ** ከምዝድኅን ብዘይጥርጥር እንተተነግረ፡ ነዚ ሥራሕ'ዚ ወልድ ይገብሮ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ይገብሮ እዩ። ወልድ ነቶም ሕይወት ዝደልዩ ሕይወት እንተኣኀደረ፡ ነዚ ካብቲ ብፍቓድ ምስኡ ሓደ ዝኾነ ኣቦኡ ተፈልዩ ኣይገብሮን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ፍቓድ ኣቦኡ፡ ናቱ ፍቓድ እዩ።
፭ ወለሊሁኒ ይቤ ክሡተ አልቦ ዘእገብር ምንተኒ ዘእምኀቤየ አላ እገብር ግብሮ ለአቡየ ዘሀለው ብየ ወለእመ ተብህለ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ከመ ውእቱ ማሕየዊ ወዘእንበለ ኑፋቄ ይገብር	5 ንሱ ውን ገሊጹ÷ ናይቲ ኣብ ህልውናይ ዘሎ ኣቦይ ሥራሕ ደኣ እሠርሕ እምበር ካብ ኣቦይ ተፈልየ ፍጹም ዝገብሮ የብለይን በለ። ዋላ እኳ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘድኅን እንተተነግረ፡ እዚ ብሓቂ

ዘቂርሎስ ም. ፹	ዘቂርሎስ ም. 80
ዘንተ እስመ መንፈሰ ሕይወት ውእቱ። ዮሐ ፭፥፲፭-፴፱።	ይሠርሕ እዩ፡ ምክንያቱ ናይ ሕይወት እስትንፋስ ንሱ እዩ። ዮሓ 5፡17-39።
፮ ወንሕነሰ ንብል እስመ ውእቱ ሕይወት በህላዌሁ ውእቱ እግዚአብሔር አብ ወወልዱ ዋሕድ ዘተወልደ እምኔሁ ወበዝንቱ አምሳል ሶበ ይትበሀል ከመ አብ አንሥኦ ለክርስቶስ ወንሕነ ነረክብ ከመ ለሊሁ ወልድ አንሥአ ርእሶ ይቤሎሙ ለአይሁድ ንሥትዎ ለዝንቱ ቤተ መቅደስ ወአነ አነሥኦ በሠሉስ መዋዕል። ዮሐ ፪፥፲፱-፳፪።	6 ንሕና ውን እግዚአብሔር አብን፡ ካብኡ አካል ዘእምአካል ባህርይ ዘእምባህርይ ዝተወልደ ሓደ ወዱን ብባህሪኡ ሕይወት ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። በዚ ኣበሃህላዊ ‘አብ ንክርስቶስ ኣተንሥኦ’ተባሂሉ እንተ ተነግረ ውን፡ ንሕና ንሱ ወልድ ባዕሉ ከምዝተንሥአ ዝነግር ንረክብ ኢና። ንሱ ባዕሉ ንኣይሁድ ‘ነዚ ቤተ መቕደስ ኣፍርስዎ ኣነ ኸኣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ከተንሥኦ እየ’ ኢልዎም ነይሩ እዩ። ዮሓ 2፡19-22።
፯ ወለነሂ ያጌብረነ ከመ ናእምር ዘከመ ይደሉ እስመ ሶበ ኮነ ከማነ ቃል ዘተወልደ እምእግዚአብሔር ሐመ በሥጋ በፈቃደ ዚአሁ ወውእቱ አምሳል ዘተጠመቅነ ቦቱ በሞቱ ወበከመ ውእቱ ወልድ በህላዌ መለኮቱ ውእቱ ሐማሚ በሥጋ ዘነሥአ።	7 ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ቃል፡ ከማና ሰብ ምስ ኮነ ብፍቓዱ መከራ ከም ዝተቐበለ ብዝግባእ ንክንፈልጥ ንኣና የድልየና እዩ። ብሞቱ ዝኸበርናሉ ባህርይ እዩ። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ እግዚኣብሔር ወልድ ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም ብምኻኑ፡ ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ መከራ ዝተቐበለ እዩ።
፰ ወውእቱ ሕይወት ዘከመ ህላዌሁ ቃለ እግዚአብሔር ዋሕድ እስመ ውእቱ ለብሰ ሥጋ ዘይእኅዞ ሞት ወበጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በሥጋሁ በእንተ ኵሉ ወሐይወ በመለኮቱ እስመ ኢይደልዎ ለሞት ከመ ይማየ ወበእንተዝ ተብህለ በእንቲአሁ ከመ አብ አንሥኦ ወከመዝ መሀሩነ አበዊነ። ፩ዮሐ ፩፥፩-፭። ሮሜ ፮፥፫-፬። ፲፥፭-፱።	8 ሓደ ናይ አብ ኣካላዊ ቃል፡ ሕይወት ባህሪኡ ብምኻኑ፡ ሞት ዝሰማምየ ሥጋ ስለዝተዋሓደ ብለውሃተ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኵሉ በኻ ኮይኑ ሞት ተቐቢሉ፡ ንእኡ ሞት ክስዕሮ ዘይከኣሎ ስለዝኾነ ብሥልጣኑ ተንሥኣ። በዚ ምክንያት እዚ ‘አብ ኣተንሥኦ’ተባሂሉ ብዛዕባኡ ተነግረ፡ ኣቦታትና ውን ከምዚ ኢሎም መሃሩና። 1ይ ዮሓ. 1፡1-5, ሮሜ 6፡3-4, 10፡5-9።
፱ አንሰ አአምን ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ ወሐይወ በኃይለ እግዚአብሔር ወውእቱ አምላክ በህላዌሁ እፎኑ ሞተ ወበዓይ አምሳል ረሰየ ምክንያተ ከመ ይጥዐም ሞተ በሥጋሁ በእንቲአነ ዘእንበለ ዳእሙ ከመ በሞቱ ይሥዐሮ ለመልአከ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ወከመ ይፈውስ እሎንተ እለ እሙንቱ መትሕተ ፍርሃተ ሞት በኵሉ መዋዕለ ሕይወቶሙ ወድልዋን ለግብርናት። ዕብ ፪፥፱-፲፭።	9 ኣነ፡ ንሱ ብሥጋ ከምዝሞተ፡ ብኃይሊ እግዚኣብሔርነቱ ውን ከም ዝተንሥአ እኣምን እየ። ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ ከመይ ኢሉ ሞተ፡ ምእንታና ብሥጋ ንክመውት ከመይ ጌሩ ምክንያቱ ሞት ገበረ፡ ኑቲ ናይ ሞት በዓል ሥልጣን ሰይጣን ንከጥፍእ ከምኡ ውን ኑቶም ብኵሉ ዘመኖም ንሞት ብምፍራህን ንዲያ ብሎስ ብምግዛእን ዝነበሩ ንከድኅኖም ደኣ እዩ እምበር። ዕብ 2፡9-15።

ዘቁርሎስ ም. ፹	ዘቁርሎስ ም. 80
፲ እመሰ ኢኮነ በዘጥዕመ ሞተ በሥጋሁ ኮነ ምክንያተ ለሕይወተ ኵሉ እለ መትሕተ ሰማይ ምንትኑ አጽሐቆ ይትወከፍ ሕማመ በሥጋ ዘእንበለ ዳእሙ ከመ ይሠዐር ሞተ በሞቱ።	10 አብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኵሉ ናይ ሕይወት ምኽንያት ዝኾነ፡ ቡቲ ብሥጋ ሞት ምቕባሉ እንተዘይኮይኑ ደኣ እሞ ብሥጋ መከራ ንክቕበል እንታይ ኣትግሆ፡ ብሞቱ ንሞት ከጥፍእ እዩ እምበር።
፲፩ ወመንክርሰ እምኔሁ ሶበ አንሥኣ መቅደሰ ባሕቲቱ ምዕረ ዳግመ ወኢያንሥኣ እመንገለ ሥጋ ድኩም አላ በኃይለ እግዚአብሔር ወውእቱ ዓዲ ኃይሉ ለእግዚአብሔር አብ ወውእቱ ትንሣኤ ወሕይወት ወዓዲመ ሕያው ውእቱ በኵሉ ጊዜ እስመ ሕይወት ውእቱ። መዝ ፻፵፮(፻፵፭)፡፭። ዮሐ ፲፩፡፳፭። ፪ቆሮ ፲፫፡፬።	11 ልዕሊ እቲ ብሞቱ ንሞት ምስዓሩ ካብኡ ዝበልጽ ግሩም ነገርሲ ሥጋኡ ከይተለወጠ ብሥልጣኑ ምትንሥኡ እዩ። ብኃይሊ እግዚአብሔር እምበር ካብ ድኹም ሥጋ ኃይሊ ረኺቡ ዘተንሥኣ ኣይኮነን። ናይ እግዚአብሔር አብ ኃይሉ ንሱ እዩ። ትንሣኤ ሕይወት ውን ንሱ እዩ። ሕይወት ብምኻኑ ውን ኵሉ ሳዕ ሕያው እዩ። መዝ 147(146)፡5። ዮሓ 11፡25። 2ይ ቆሮ 13፡4።
፲፪ ይቤ ይእዜ ተሀውከተኒ ነፍስየ ወምንተ እብል አባ አድኅና ለነፍስየ እምዛቲ ሰዓት ወባሕቱ በእንተ ዝንቱ መጻእኩ ወበጻሕክዋ ለዛቲ ሰዓት አባ ሰብሖ ለወልድከ ወካዕበ ይቤ በካልእ ገጸ መካን እንዘ ይትሀወክ ወይቴክዝ በልቡ ወይቤ ተሀውከት ነፍስየ እስከ ለሞት ወካዕበ ይቤ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከልሐ በዓቢይ ቃል ወይቤ አባ ውስተ እዴከ አመኃፅን ነፍስየ። ዮሐ ፲፪፡፳፯-፳፱። ማቴ ፳፮፤፴፰-፴፱። ሉቃ ፳፫፡፵፮።	12 'ሕጂ ነፍሰይ ኃዚና ኣላ እንታይ እሞ ክብል እየ፡ ኦ ኣቦይ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ኣድኅና። ግና ምእንትዚ እንድ'የ ሰብ ዝኾንኩ፡ ናብዛ ሰዓት እዚኣ ውን ዝበጻሕኩ፡ ኦ ኣቦይ ንወድኻ ግለጾ' በለ። ከምኡ ውን ኣብ ካልእ ዓንቀጽ፡ 'ነፍሰይ ክሳዕ ሞት በጺሓ ኃዘነት ኢሉ ክኃዝን ክጉሂ ጀመረ' በለ። ደጊሙ ውን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓው ኢሉ 'ኦ ኣቦይ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቑባ ኣሎኹ' ብምባል ጨርሐ በለ። ዮሓ 12፡27-29, ማቴ.26፡38-43, ሉቃ 23፡45።
፲፫ ወእለሰ ሀለዉ በሃይማኖቱ ለእቡሊናዮስ እለ ኀረዩ ይትአመኑ ከንቶ ወይትቃረኑ ጽድቀ ይቤሉ ከመ ለመቅደስ ዘተዋሐደ ቦቱ ቃለ እግዚአብሔር አልቦቱ ነፍስ ወኢልቡና ሰብእ ወምንትኑ እንከ ይብሉ በዘጸሐፎ ለነ ዝንቱ ወንጌላዊ ቅዱስ በዘአቅደምነ ዘክሮ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ መድኀነ ኵልነ ወበህላዌሁሰ ለቃለ እግዚአብሔር አብ ዘበሰማያት ኢይቀርቦ ሁከት ዘልብ ወኢትካዝ ወኢምንትኒ እምክንያተ ድካም ግሙራ ወኢይደሉ ከመ ይኩን በዘከመዝ አምሳል ለዝሉፉ ወኢይትበዋህ	13 ኣብ ሃይማኖት ኣቡሊናርዮስ ዘለዉ፡ ነቲ ሓሶት ትምህርቱ ተቓቢሎም ነዚ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝቃወሙ ግና 'እቲ እግዚአብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ ነፍስን ናይ ሰብ ልብን የብሉን' በሉ። ከምዚ ካብ ዝኸውን፡ ብዛዕባ'ቲ መድኃኒ ኵልና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቐዲምና ብዝበልናዮን፡ እዚ ቅዱስ ወንጌላዊ ብዝጸሓፈልናን በዚ ነገር እዚ እንታይ ይብሉ ኣለዉ፡ ቡቲ ሰማያዊ ባህሪኡ ግና ንቃል እግዚአብሔር አብቱ ናይ ልቢ ምህዋኽ ምኃዛን ኮነ ገለ ካብ ምኽንያት ድኻም ፈጺሙ የብሉን። ከምዚ ዝበለ ነገር ፈጺሙ ኣይኸውንን እዩ። ካብቲ ንኣና

ዘቁርሎስ ም. ፹	ዘቁርሎስ ም. 80
ይትበሀል ከመ ምንትኒ እምሕማማቲነ ለነ ለእጓለ እመሕያው ግሙራ።	ንሰባት ዝሰማማዕ ሕማም ንእኡ ብባህሪኡ ፈጺሙ ኣለዎ ተባሂሉ ክንገር ኣይግባእን።
፲፬ ወካዕበ እስመ ለሥጋ ዘአልቦ ልብ ወኢነፍስ እፎኑ ይደልዎ ይትወከፍ ሀከተ ልብ ወኢይደሉ ከመ ያእምሮ ምንትኒ እምዘይከውን እምኔሁ ትካዝ ወኢይፈኢ ግሙራ ምንትኑ እምግባራት ዘይደሉ ለፍርሃት ወሀከተ ልብ አንሰ እቤ እስመ ዝግብር ውእቱ ዘነፍስ ነባቢት እንተ ይደልዋ ትትወከፍ እሎንተ እስመ ባቲ ልብ ዘይሁባ ዘቦቱ ወዘይመጽእ ላዕሌሁ።	14 ከምኡ ኸኣ ልብን ነፍስን ዘይብሉ ሥጋ ከመይ ኢሉ ናይ ልቢ ጎዝን ክቕበል ይኽእል፡ ካብቲ ኣብኡ ዝኸውን ጎዝን ፍጹም ክፈልጥ ኣይክእልን እዩ። ካብቲ ንጎዝን ልብን ፍርሃትን ዝሰማማዕ ሥራሕ ንዝኾነ ይኹን ኣየስተውዕልን እዩ። ኣነ ውን እዚ ሥራሕ'ዚ ማለት ፍርሃትን ሀከትን ምቕባል ናይ ነባቢት ነፍስ ገንዘብ እዩ እብል ኣሎኹ። እዚ ኸኣ ኣብኡ ንዘሎ ፍልጠትን፡ ኣብ ልዕሊኡ ንዝመጽእ ሀከትን ዝህብ ልቢ ስለዘለዎ እዩ።
፲፭ እመሰ ፍርሃት ወሞት ወኮሉ ዘተናገርነ ቦቱ ርሑቅ እምነ መለኮት ለግሙራ እፎኑ ይቤ ኣማኑኤል ይእዜ ተከዘት ነፍስየ ወበዓይ ኣምሳል የሐምም ልቡ ወይትሀወክ ወበዓይ መንፈሰ መጠወ ውስተ እደ እግዚኣብሔር ኣቡሁ ለእመ ኮነ ሥጋ ዘአልቦቱ ነፍስ ወኢልቡና ኣላ ክሡት ግብሩ ከመ ቃል ዋሕድ ኮነ ሰብኣ ወኢነሥኣ ሥጋ ዘአልቦቱ ነፍስ ወልቡና ኣላ ውእቱ ሥጋ ፍጹም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወልቡና ዘከመ ይደሉ ለቃል ፍጹም ዘዚኣሁ ወበከመ ተሐሰበ ግብራተ ትሥጉት ከመ ዘሎቱ ከማሁ ዓዲ እንተ ዘነፍስሂ ንሕነሂ ዓዲ ህልዋን እምነ ዘነፍስ ወሥጋ።	15 ፍርሃት፡ ሞትን ኵሉ ዝበልናዮን ኣብ መለኮት ፈጺሙ እንተዘየሎ ደኣ ከመይ ኢሉ ኣማኑኤል ሕጂ ነፍሰይ ጎዝነት በለ፡ ብከመይ ዝበለ ነገርከ ልቡ ይጎዝንን ይህወኽን፡ እቲ ሥጋ ነፍስን ልብን እንተዘይብሉ ደኣ ነየነይቲ ነፍሲ እዩ ብሥልጣን ኣቦኡ ካብ ሥጋኡ ዝፈለየ፡ ዋሕድ ቃል እግዚኣብሔር ሰብ ከምዝኾነ ነገሩ ፍሉጥ እዩ እምበር፡ ነፍስን ልቡናን ዘይብሉ ሥጋ ኣይወሰደን። ንፍጹም ቃል ናቱ ዝኾነ ኵሉ ገንዘቡ ከምዝኾነ፡ ቃል ዝወሰዶ ሥጋ ውን ነፍስን ልቡናን ዘለዎ ፍጹም እዩ እምበር። ናይ ሥጋ ሥራሕ ንቃል ገንዘቡ ኾነ ተባሂሉ ከምዝተነግረሉ ከምኡ ድማ ናይ ነፍሲ ሥራሕ ገንዘቡ ኾነ ተባህለሉ። ንሕና ውን ብነፍስን ብሥጋን ጸኒዕና እንነብር ኢና።
፲፮ ወበከመ ውእቱ ረሰየ ምክንያተ ከመ ይሕምም ሥጋሁ ባሕቲቱ በሥርዓት እስከ ኮነ ከመ ለሊሁ ሐማሚ እንዘ ኢየሐምም ከማሁ ዓዲ ረሰያ ለነፍስ ትትወከፍ ግብራ ባሕቲታ ወዐቀመ ከመ ይፈጽም በኵሉ ገጽ ዐቅመ ትሕትና እስመ ውእቱ እግዚኣብሔር በህላዌሁ ወላዕለ ኵሉ ውእቱ ወመጠወ ነፍሶ ባሕቲቱ ውስተ እደ እግዚኣብሔር ኣቡሁ እንተ ይእቲ ነፍሱ እንተ ተዋሐደ ባቲ ከመ ይግበር ሠናየ ምስሌነ በዝ ግብር።	16 ሕማም ዘይሰማምየ እንከሎ፡ ክሳዕ ሓመመ ምባል በጺሑ ንሱ ጥራይ ብተዋሕዶ መከራ ምእንቲ ክቕበል ሥጋኡ ንሕማም ምኽንያት ከምዝገበረ፡ ደጊሙ ኸኣ ንነፍሲ ከምኡ ናታ ሥራሕ ከም ትሠርሕ ገበራ። ብነፍስን ብሥጋን ሥራሕ ሰብነት ንክሠርሕ ፈተወ። ከመይ ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽን ልዕሊ ኵሉን ስለዝኾነ፡ ንሱ ባዕሉ ብሥልጣን ኣቦኡ ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ፈለየ። እዛ ነፍሲ ዚኣ በዚ ሥራሕ'ዚ ማለት ብሞቱ ምሳና ዕርቂ ንክገብር ዝተዋሓዳ እያ።

ዘቂርሎስ ም. ፹	ዘቂርሎስ ም. 80
፲፯ ወአሜሃ በውእቱ መዋዕል ኮና ነፍሳት ሶበ ይወጽኣ እምሥጋ ሰብእ ይወርዳ መትሕተ ምድር ወይትፈነዋ ውስተ ገሃነም እስከ ይመልኣ አብያተ ሞት ወሶበ መጠወ እግዚአብሔር አቡሁ አስተዳለወ ለነ ፍኖተ ሐዲሰ ውስተ ሰማያት ወኢነሐውር እንከ ውስተ ገሃነም አላ ንተልዎ ለዘፈጠረነ ወከመዝ ንሜጡ ነፍሳቲነ ውስተ እዴሁ።መዝ ፸፱(፸፰)፡፲-፳። ፹፱(፹፰)፡፸፰። ጥበ ሰሎ ፪፡፩-፲፩። ዮሐ ፲፡፲፰። ዕብ ፮፡፳። ፲፡፳	17 ሽዑ በቲ እዋንቲ ነፍሳት ካብ ሥጋአን ምስ ተፈልያ ናብ ትሕቲ ምድሪ ናብ ሲኦል ይወርዳ ነበራ። ናይ ሞት ኣባይቲ ውን ክሳዕ ዝመልኡ ናብ ገሃነም ይኸዳ ነበራ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሥልጣን ኣቦኡ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ምስ ፈለየ ግና ናብ መንግሥተ ሰማያት ንምእታው ሓድሽ መንገዲ ኣዳለወልና። ንፈጣሪና ኃኺተልን ንስዓብን እምበር ካብ ሕጂ ንደኃር ናብ ገሃነም ኣይኽይድን ኢና። ብሥልጣኑ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ከምዝፈለየ ናትና ነፍሲ ውን ብሥልጣኑ ክትፍለ እያ። መዝ 49(48)፡10-20። 89(88)፡48። ጥበ ሰሎ 2፡1-11። ዮሓ 10፡18። ዕብ 6፡20። 10፡20።
፲፰ ወዘአሰፈወነ ጻድቅ ውእቱ ከመ ንኩን ውስተ ተስፋ ሠናይ ከመ እግዚእነ ክርስቶስ ያነሥአነ ለኵልነ እስመ ሕያው ውእቱ በእንተ አቡሁ እስመ ተወልደ እምአብ ሕያው ዘለዓለም ወበእንተዝ ይደልዎ ሎቱኒ ዓዲ ይኩን ሕይወተ እስመ ተወልደ እምሕይወት ማሕየዊ ዘውእቱ እግዚአብሔር አብ ወለሊሁኒ ዓዲ ወልዱ ዘበአማን ። ዮሐ ፮፡፵፩-፵፯። ፲፩፡፪-፬። ዕብ ፲፪፡፩።	18 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኮላትና ከም ዘተንሥኣና፡ ብሓቀኛ ተስፋ ጸኒዕና ንክንነብር ተስፋ ዝሃበና ሓቀኛ እዩ። **አብ** ሕያው ስለዝኾነ ንሱ ውን ንዘለዓለም ሕያው ካብ ዝኾነ ካብ **አብ** ስለዝተወልደ ሕያው እዩ። ስለዚ ከኣ ዳግማይ ሕይወት ኃኸበሃል ንእኡ ተገብኦ። ከመይ ካብ ዘድኅን ሕይወት ማለት እግዚአብሔር **አብ** ስለዝተወልደ እዩ። ንሱ ውን ናይ ባህርይ ወዱ እዩ። ዮሓ 6፡44-47። 14፡2-4። ዕብ 12፡1።
፲፱ ወበእንተ ሥጋኒ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ንብል ከመ ውእቱ ረሰዮ ዘዚአሁ ወአስተርአየ ውእቱሂ ዓዲ ማሕየዊ ከመ ይደሉ ሎቱ በተዋሕዶቱ ምስሌሁ በዘኢይትከህል ይትነገር እንከሰ ሥጋሁኒ ሕይወት ዓዲ ወማሕየዊ ኮሉ ውእቱ ቦኑ ይደሉ ግሙራ ይትከፈል እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዋሕድ ኀበ ፪ቱ እንዘ ለሊሁ ሕይወት ውእቱ ከመ ተወልደ እምሕይወት ማሕየዊ እግዚአብሔር አብ። ዮሐ ፮፡፳፯-፳፱።	19 ብዛዕባኒቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ውን ንሱ ናቱ ከምዝገበሮ ንዛረብ ኣሎና። ብክንገር ዘይክእል ተዋሕዶ ምስኡ ሓደ ብምኻኑ ከምቲ ንእኡ ዝግባእ፡ ንሱ ውን ዘድኅን ምኻኑ ተፈልጠ። እምበኣር ሥጋኡ ኽኣ ሕይወት ንኾሉ ውን ዘድኅን እዩ። ብሓቂ እዚ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ክልተ ክኸፈል ይኽኣል ድዩ፧ ካብ ዘድኅን ሕይወት ካብ እግዚአብሔር **አብ** ብምውላዱ፡ ንሱ ሕይወት ክኸውን ከሎ። ዮሓ 6፡27-64።
፳ ውእቱሂ ዓዲ ማሕየዊ ወለእመሂ ኮነ በሥጋሁ በተዋሕዶ ወሥጋሁኒ ዓዲ ማሕየዊ ወለእመኒ ኮነ ሰብአ ውእቱሰ እግዚአብሔር ውእቱ ወዓዲ	20 ንሱ ውን ዘድኅን ሕይወት እዩ። ምስ ሥጋኡ ብተዋሕዶ እኳ እንተኾነ ሥጋኡ ውን ዘድኅን እዩ። ሰብ እኳ እንተኾነ ንሱስ ኣምላኽ እዩ። ከምኡ ውን

ዘቄርሎስ ም. ፹ ፥ ም. ፹፩	ዘቄርሎስ ም. 80 ፥ ም. 81
እስመ ወልድ ይትዌከፍ ሕይወተ ወይሬስዮ ቦቱ ወበዓይ አምሳል ዝንቱ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ ወኮነ አሐደ ምስለ ቃል ሕያው ወረሰዮ ለዉቱ ዘዚአሁ ።	ወልድ ንሕይወት ገንዘቡ ጌሩ ይሠርሓሉ እዩ። እዚ ብምንታይ እዩ፤ ቡቲ ዝወሰዶ እሞ ምስ ሕያው ቃል ሓደ ዝኾነን ናቱ ዝገበሮን ሥጋ እዩ።
፳፩ ወበእንተዝ ተብህለ በእንቲአሁ ፈድፋደ ከመ ውእቱ ተወክፈ ሕይወተ ወባሕቱ ዘዚአሁ ውእቱ ሕይወት በህላዌሁ ወውእቱኒ ዓዲ ረሰዮ ዘተዋሐደ ቦቱ ለዉቱ ለባሕቲቱ ዘውእቱ ሥጋ እንተ ነሥአ።	21 ስለዚ ውን ፈጺሙ ንሕይወት ናቱ ከምዝገበረ ብዛዕባኡ ተነግረ። እንተኾነ ግና ብባህሪኡ ሕይወት ናቱ እዩ። ንሱ ውን ነቲ ዝተዋሓዶ ማለት ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ንእኡ ንበይኑ ናቱ ገበረ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፹፩ ክፍል ፶፩	**ምዕራፍ 81 ክፍሊ 51**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለስክንድርያ ውስተ ክፍል ሳብዕ እምትርጓሜ ምሥጢረ ትሥጉቱ ለእግዚእነ ክርስቶስ ዘይት ቃረን ሃይማኖቶ ለንስጥሮስ ዕልው።	1 እዚ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ንሃይማኖት ኩሓዲ ንስጥሮስ ኣብ ዝተቃወመሉ፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነገረ ሥጋዌኡ ኣብ ዝተርጕመሉ ዓንቀጽ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ደጊሙ ከምዚ በለ።
፪ እመሰ ይነብቡ እለ ይትአመኑ በ፪ቱ ህላዌያት ይንግሩነ እስኩ አይ እም ኔሆሙ ዘአየቀ አብ ቦቱ ከመ እምኔሁ ወፅአ ወአ፞ንዘ ይስምዮ ወልደ ፍቁረ አመ ጸርሐ እምሰማያት እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፍቀር። ማቴ ፫፡፲፫-፲፯። ፪ጴጥ ፩፡፲፯-፲፱።	2 እቶም ብክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝኣምኑ ሰባት÷ 'ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ' ኢሎም ካብ ተዛረቡስ፡ 'እቲ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ' ኢሉ ካብ ሰማይ ኣብ ዝጨርሓሉ ጊዜ÷ ነቲ ካብኡ ከምዝተረኽበ ጌሩ እብ 'ዝፈትዎ ወደይ' ክብል ዝመስከረሉ ካብ ክልቲኦም ንመን ከምዝኾነ እስከ ይንገሩና።! ማቴ 3፡13-17, 2ይ ጴጥ 1፡16-19።
፫ እመሰ በእንተ ህላዌሁ ለቃል እፎኑ አስተርአየ ለዘይቀውም ዲበ ምድር ከመ ዘረስኦ ለዘውእቱ ውስተ ሕፅኑ ዘልፈ ወለእመኒ በእንተ ህላዌ ትስብእት ዘሰመዮ ወልደ ፍቁረ ይንግሩነ እንከ እፎ ውእቱ አቡሁ ለዘህልው ከመዝ ከማነ ወዝንቱ ሕፀተ አእምሮ እምኔሆሙ ወሕሊና እኩይ እምእለ ይብሉ ፪ቱ ህላዌያት።	3 ነቲ 'ባህርየ ቃል' እንተ ደኣ ኾይኑ÷ ነቲ ኵሉ ጊዜ ብሓድነት ምስኡ ዘሎ ከም ዝረስዖ ኮይኑ ከመይ ኢሉ ነቲ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ንዝቐመ ተነግረ፤ ከምኡ ውን እቲ ዝፈትዎ ወደይ ዝበሎ ነቲ 'ባህርየ ሥጋ' እንተ ደኣ ኾይኑ ኸ ነቲ ብከምዚ ከማና ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ፅሩቕ ብእሲ ከመይ ኢሉ ኣቦኡ ክበሃል ይኽእል እስከ ይንገሩና።! እዚስ ካብኦም ዝተረኽበ ጕድለት ኣእምሮ፡ ከምኡ ውን ካብቶም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝብሉ ሰባት ዝተረኽበ ከቢድ ክሕደት እዩ።

ዘቂርሎስ ም. ፹፭	ዘቂርሎስ ም. 81
፬ አላ ንሕነሰ ነአምን አሐደ ህላዌሁ ለቃል ዘኮነ ሥጋ ወውእቱ ዘተወልደ እምአብ እሙነ በዘኢይትነገር ወውእቱ ተወካፌ ትሕትና ዘይደሉ ለሥጋ ወበአማን አስተርአየ ዲበ ምድር ከመ ያሥምሮሙ ለምእመናን መንክር ዘይትነገር ጥቀ ዘውእቱ ቃለ አብ ዘይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፍቅር ዘቦቱ ሠመርኩ። ኢሳ ፱፡፮። ፵፪፡፩።መዝ ፺፫(፺፪)፡፬። ማቴ ፲፪፡፲፮-፲፰። ፩ዮሐ ፭፡፭።	4 ንሕና ግና ናይቲ ሥጋ ዝኾነ ባህርየ ቃል ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምንን ነእምንን። ብዘይምርመር ልደት ብሓቂ ካብ **አብ** ዝተወልደ ንሱ እዩ። ንሥጋ ዝግባእ ትሕትና ዝገበረ ንሱ እዩ። ምእመናን ንክሕጉስ ብሓቂ ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለምዚ ተራእየ። ‹እቲ ንመሥዋዕትነት ዝመረጽክዎ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ› ዝብል ናይ **አብ** ቃል እምብዛ ዘደንቕ ግሩም እዩ። ኢሳ 9፡6። 42፡1። መዝ 93(92)፡4። ማቴ 12፡16-18። 1ይ ዮሓ 5፡5።
ክፍል ፹፪	**ክፍሊ 52**
፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት በውስተ ተጎሥሦ ዘ፲ቱ ወ፪ቱ ንሕነሰ ንሰምዮ ለእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ኢየሱስ ክርስቶስ ወንፈቱ ከመ ንጠንቅቅ ምሥጢሮ ለዋሕድ በሥርዓተ ሥጋ ወንበል ጽድቀ በሃይማኖት ርትዕት ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ አምላከ ጽድቅ ዘእም አምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ወረደ ወኮነ ሥጋ ሐመ ወሞተ ወተንሥአ እሙታን። ዮሐ ፩፡፱። ፲፯፡፫።	5 እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ኣብቲ መበል 13 ሕቶ ደጊሙ ከምዚ በለ÷ ንሕናስ ነቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል፡ ንእኡ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና ንብሎ። ዋሕድ ቃል ምስ ባህርየ ሥጋ ዝተዋሓደሉ ምሥጢረ ተዋሕዶ ኣጸቢቕና ክንፈልጥ ይግብኣና። በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒዕና ድማ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ እግዚኣብሔር ቃል ንሱ÷ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ናብዚ ዓለምዚ መጺኡ ሰብ ከምዝኾነ፡ ከምዝ ሓመመ፡ ከምዝሞተን ካብ ምዉታን ተፈልዩ ከምዝተንሥአን÷ ነዚ ሓቂ ነገር'ዚ ንዛረብ። ዮሓ 1፡9። 17፡3።
፮ እስመ ጉባኤ ዓቢይ ቅዱስ ሠርዑ ርትዕተ ሃይማኖተ እምድኅረ ሐተቱ በፈቲው አእምሮቶ ዘከመ እፎ ኮነ ቃል ሥጋ ወኮነ ሰብአ ዘበአማን ከማነ ነጽር እስመ ዝንቱ ግብር አኮ ንስቲት ውእቱ ለሰብእ እስመ ዝንቱ ዋሕድ ኮነ ሰብአ ከማነ ወእምዝ ዐቀመ ህላዌ ባሕቲቱ እንበለ ውላጤ ወኢሚጠት ኮነ ደመ ወሥጋ ዘከመ ሥርዓት ወውእቱ ፩ዱ ክመ። ዘዳግ ፴፪፡፮። ፩ቆሮ ፲፪፡፳፰።	6 እዞም ዓበይቲ ክቡራን ኣቦታት ነዚ ቅኑዕ ሃይማኖት ጽሒፎም እዮም እሞ÷ ቃል ምስ ሥጋ ከመይ ኢሉ ከምዝተዋሓደን ከመይ ኢሉ ከማና ሰብ ከምዝኾነን ብዝግባእ ድኅሪ መርሚሮም ምፍላጦም ነዚ ቅኑዕ ሃይማኖት ጽሓፉ። እዚ ናይ ሰብ ምኻኑ ግብሪ ንሰብ ንእሽቶ ከምዘይኮነ ፍለጥ። እዚ ሓደ ወልድ ከማና ሰብ ኮይኑ እዩ እሞ ብድኅርዚ ነቲ ሓደ ባህሪኡ ብዘይምልዋጥ ኣጽንዑ። ከምቲ ዝግባእ ነፍስን ሥጋን ተዋሓደ፡ ንሱ ኵሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ዘዳግ 32፡7። 1ይ ቆሮ 12፡28።
፯ ወበውስተ መጻሕፍትኒ እለ እማንቱ ቃለ እግዚአብሔር እምቅድመ ይኩን ሰብአ ውእቱ ይሰመይ አምላከ ወዋሕደ ወቃለ ወወልደ ወገጸ ወብርሃነ	7 ኣብቶም ቃለ እግዚኣብሔር ዝኾኑ መጻሕፍቲ ውን ንሱ ቅድሚቲ ሰብ ምኻኑ÷ ኣምላኽ፡ ወልድ፡ቃል፡ገጽ፡ብርሃን፡ ሕይወት፡ ስብሐት፡ ናይ **አብ**

ዘቂርሎስ ም. ፹፩	ዘቂርሎስ ም. 81
ሕይወተ ወስብሐተ ወአርአያ አካሉ ለአብ ፀዳለ ወጥበበ መዝራዕተ ወኃይለ ወየማነ ልዑል ወእግዚአ ኃይላት ወካልአነ አስማተ ከመዝ ዘበጽድቅ ይደሉ ለእግዚአብሔር። ዘፀአ ፲፭፡፯። ዘዳግ ፮፡፬። መዝ ፲፱(፲፰)፡፯። ፷፯(፷፮)፡፫። ፸፯(፸፮)፡፰። ፺፫(፺፪)፡፫። ኢሳ ፶፫፡፩። እንባ ፫፡፫-፯። ዮሐ ፩፡፬-፲፰።	ናይ ቃሉ መፈለጥታ፡ ፀዳል፡ ጥበብ፡ ቅልጽም፡ ኃይሊ፡ ናይ ልዑል **አብ** የማናይ ኢዱን ፈጣሬ መላእኽትን ይበሃል። ብከምዚ ዝበለ ቦቲ ብሓቂ ንእግዚአብሔር ዝግባእ ካልእ ኣስማት ውን ይጽዋዕ እዩ። ዘፀአ 15፡7። ዘዳግ 6፡4። መዝ 12(11)፡6። 27(26)፡8። 43(42)፡3። ኢሳ 53፡1። እንባ 3፡3-7። ዮሐ 1፡4-18።
፹ ወእምድኅረ ኮነ ሰብአ ተሰምየ ብእሴ ወመሢሐ ወኢየሱስሃ ወታቦተ ወዐራቁ ወበኵረ ለዘሰከቡ ወበኵረ ለዘይትነሣእ እሙታን ወርእሰ ሥጋሃ ለቤተ ክርስቲያን ወካልአን አስማት ዘከመዝ ይታለው ዘብሉይ ወዘሐዲስ ወዘደኃሪ መዋዕል ኵሎሙ ዘዚአሁ እሙንቱ ወውእቱ ፩ዱ ክመ ወውእቱ አምላከ ጽድቅ እምቅድመ ትስብእቱ ወዓዲመ ውእቱ ህልው በግብሩ በዘኮነ ቦቱ እንዘ ህልው ቦቱ ዘልፈ ለዓለመ ዓለም። ኢሳ ፷፫፡፩። ሰቆ ኤር ፲፩፡፶፭-፶፱። ሉቃ ፩፡፶፬። ግብ ሐዋ ፬፡፳፭-፳፱። ፩ጢሞ ፪፡፭። ቈላ ፩፡፲፰። ፩ቆሮ ፲፭፡፵-፵፯።	8 ሰብ ድኅሪ ምኻኑ ውን÷ ብእሲ፡ መሲሕ፡ ኢየሱስ፡ ታቦት፡ መተዓረቒ፡ በኵረ ምውታን፡ በኵሪ ናይቲ ካብ ምውታን ዝትንሥእ፡ ናይ ምእመን ጐይታ ፈጣሪ ተባህለ። ከምዚኦም ዝበሉ ካልኦት ኣስማት ውን ይንገሩሉ። ኣብ ብሉይን ሓዲስን ኵሎም እቶም ሰብ ቅድሚ ምኻኑን ሰብ ድኅሪ ምኻኑን ዝተነግሩ ኣስማስ ናቱ እዮም። ንሱ ኵሉ ሳዕ ሓደ እዩ። ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ በዚ ውን ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነብር ብምኻኑ ቦቲ ዝነበሮ ባህርይ ብጐይትነቱ ጸኒዑ ይነብር። ኢሳ 63፡1። ሰቆ ኤር 11፡45-54። ሉቃ 1፡31። ግብ ሓዋ. 4፡25-29። 1ይ ጢሞ 2፡5። ቈላ 1፡18። 1ይ ቆሮ 15፡40-47።
፹፩ ኢይደልወነ ንፍልጦ ለ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ብእሲ በዐቅሙ ወለእመኒ ነአምሮሙ ለ፪ቱ ህላዌያት በዘዘዚአሆሙ ወነዐቅቦሙ ዘእንበለ ተስሕት በበይናቲሆሙ ንብል እንከ ፩ዱ ውእቱ ክመ ኢየሱስ ክርስቶስ ።	9 ብዓቕሙ ከም ዕሩቕ ብእሲ ጌርና ነቲ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንፈልዮ ኣይግባእን። ዋላ ውን ነዞም ክልተ ባህርያት በብናቶም እንተ ፈለጥናዮምን፡ ብዘይ ምትሕውዋስ በበይኖም እንተሓለናዮምን ኵሉ ሳዕ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ ኢና ንብል።
፹፪ ወሶበሂ ይቤ መጽሐፍ ቅዱስ እስመ ኵሉ መለኮት ፍጹም ኃደረ ቦቱ በሥጋ ኢንብል በእንተዝ ከመ ቃል ኃደረ ውስተ ብእሲ ባሕቲቱ ዘከመ ኮነ በካልእ መሢሕ ዘውእቱ ቅቡዕ ብሂል ወኢንፈልጦ በበይናቲሁ ለዘኮነ ፩ደ ወኢንፈስዮ ፪ተ ። ቈላ ፪፡፱።	10 መጽሓፍ ቅዱስ ውን ፍጹም መለኮት ኣብ ሥጋ ከምዝኃደረ እንተተዛረበ፡ በዚ ኣብቲ ተቐቢኡ ዝኸበረ ሰብ ኃደረ ኻኸበሃል ቃል ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ኃደረ ኣይንብልን። ነቲ ሓደ ዝኾነ ነንበይኑ ኣይንፈልዮን፡ ክልተ ውን ኣይንገብሮን ኢና። ቈላ 2፡9።
፹፫ ወፈድፋደሰ ንብል እስመ መጽሐፍ ቅዱስ ይሰሚ ብዙኀ ጊዜያተ ትስብእቶ ለእግዚአብሔር ቃል መሢሐ	11 ብዝያዳ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ንእግዚአብሔር ቃል ዝተዋሓደ ሥጋ ብዙኅ ጊዜ መሲሕ ከምዝብሎ ንነግር።

ዘቂርሎስ ም. ፹፩	ዘቂርሎስ ም. 81
ዝንቱ ዘረሰዮ ሎቱ ከመ መቅደስ ጽሑፍ በገጸ መካን በእንተ ነፍሳተ ሰብእ ከመ እማንቱ የኃድራ ውስተ አብያተ ጽቡር እንዘ ንሕነ ውስተ ዛቲ አሐቲ ልሕኵት ሰመዮ ሥጋ ዚአነ አብያተ ዘጽቡር ከመ ያጽድቅ እስመ ነፍሳቲነ ኀዱራት ውስቴቶሙ። ፪ቆሮ ፭፡፩-፫።	እዚ ንእኡ ከም መቐደስ ዝገበሮ እዩ። ንሳቶም ኣብ ናይ ጭቃ ኣባይቲ ከምዝኃደሩ ብዛዕባ ነፍሳት ሰባት ኣብ ዓንቀጸ መጽሓፍ ተጻሒፉ እዩ። ነፍሳትና ኣብ ሥጋና ኃዲረን ከምዝነብራ ንከረድእ፥ ንሕና በዛ ሓንቲ ኣካል ከሎና ነቲ ናትና ሥጋ 'ናይ ጭቃ ቤት' በሎ። 2ይ ቆሮ 5፡1-3።
፲፪ ወበእንተዝ ኢይትከፈል ብእሲ ኀበ ፪ቱ ወኢኮነ ነውረ ለግሙራ ሶበ ይትበሀል ከመ መንፈሱ ለብእሲ ኀዱር ውስቴቱ ወበዝንቱ አምሳል እመ ኮነ ነገሩ ኢይደሉኬ እንከ ይኩን በካልእ አምሳል ወበእንተዝ ኢይደሉ ይትዐመፅ ህላዌ ግብራት ወፈድፋደሰ ይደልወነ ንለቡ ወንትሉ ጽድቀ በእንተ ዘርኢነ ግብራተ እንተ ኢኮነት እምዝንቱ ፩ዱ ህላዌ ።	12 በዚ ኸኣ ሰብ ናብ ክልተ ኣይክፈልን እዩ። ዋላ ውን ናይ ሰብ ነፍሱ ኣብ ሥጋኡ ከምዝኃደረ እንተተነግረ እዚ ፈጺሙ ኣየንቅፍን እዩ። እምበኣር ነገሩ በዚ ዓይነትዚ ካብ ኮነ፥ ብኻልእ ዓይነት ክኸውን ኣይግባእን እዩ። ስለዚ እዚ ናይ ሥራሓት ኣነባብራ ክከሓድ ኣይግባእን። ብዝያዳ እኳ ደኣ ካብዚ ሓደ ባህርይ ዘይኮነት ሥራሕ ስለዝረኤና ነቲ ሓቂ መርሚርና ክንፈልጦ ይግብኣና።
፲፫ ናሁ ኀብረ በአሐዱ ተዋሕዶ ወሶበኒ ንቤ ከመ ፩ዱ ውእቱ ውስተ ካልኡ ዘእንበለ ቱስሕት ኢይደልወነኬ ንክፍሎሙ ኀበ ክልኤ ወኢይትዔመፅ ኀብረተ ተዋሕዶ በምንትኒ እምነ አምሳላት ለእመ ጸዋዕነ ፪ቱ ህላዌያተ እስመ መንፈሱ ለብእሲ ኀዱር ውስቴቱ ወንሰምዮ ለመንፈስ ብእሴ ጥዩቀ በከመ አቅደምኩ ወነገርኩ ወጠቢብኒ ጳውሎስ ይሜህረነ ዘንተ እንዘ ይብል እስመ ብእሲኒ ዘአፍአ ይማስን ወብእሲነሰ ዘውስጥ ይትሔደስ ዘለለዕለቱ ። ፪ቆሮ ፬፡፲፮።	13 እንሆ ብሓደ ተዋሕዶ ሓደ ኮነ። ዋላ ውን ነፍሲ ኣብ ሥጋ ብዘይ ምትሕውዋስ ከምዝኃደረት እንተተዛረብና ናብ ክልተ ክንከፍሎም ኣይግባእን። ነዞም ክልተ ባህርያት(ነፍስን ሥጋን) ስለዝጸዋዕና በዚ ናይ ተዋሕዶ ሓድነት ብምንም ነገር ኣይናወጽን እዩ። ከመይ ናይ ሰብ ነፍሱ ኣብ ሥጋኡ ኃዲሩ እዩ ዝነብር። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ንነፍሲ ብግልጽን ብርዱእን ነገር 'ሰብ' ኢና ንብሎ። እዚ በሊሕ ፈላጥ ጳውሎስ ውን 'እቲ ናይ ግዳም ሥጋና እንተ ማህመነ እኳ፥ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ነፍስና ግና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ' ክብል ነዚ ይምህረና። 2ይ ቆሮ 4፡16።
፲፬ ወእመቦ ዘይቤ ከመ ብእሲነ ዘውስጥ የኃድር ውስተ ብእሲነ ዘአፍአ ጽድቀ ተናገረ ወኢረከብነ ዘይፈልጦ ለ፩ዱ ወካዕበ ይቤ ኢሳይያስ ነቢይ በሌሊተ ትገይሥ መንፈስየ ኀቤከ እግዚኦ አምላኪየ ቦኑ ንብል በከመ መንፈስ ውእቱ ካልእ አፍአ እምኔሁ ይገይሥ ኀበ እግዚአብሔር እፎኑመ ኢየአኪ ዘይብል ዘንተ ነገረ ከመዝ። ኢሳ ፶፮፡፱።	14 ኣብ ውሽጢ ዘሎ ነፍስና ናብቲ ኣብ ግዳም ዘሎ ሥጋና ከምዝኃድር ዝተዛረበ ሰብ እንተሎ ሓቂ ተዛረበ። ንሓደ ሰብ ዝፈሊ ነገር ኣይረኸብናን። ከምኡ ውን ነቢይ ኢሳይያስ 'ኦ ጐይታይ ፈጣርየይ ነፍሰይ ናባኻ ብለይቲ ትግሥግሥ ኣላ' በለ። ብሓቂ ነፍሱ ካብኡ ፍሉይ ኮይኑ ናብ እግዚኣብሔር ከምዝኸይድ ዲና ንዛረብ ዘሎና፡ ነዚ ነገር ከምዚ ዝብል ከመይ ኣይከፍእን፡ ኢሳ 26፡9።

ዘቂርሎስ ም. ፹፩

፲፩ ወይደልወነ ንለቡ ዘንተ አምሳለ ነገር ወኢንፃእ እምነ ዘይደሉ አላ ናስተጋብእ ፈድፋደ ኃይለ ክፍላት ጎበ ዘይደሉ በኵሉ ግብር።

፲፪ ወሶበ ንቤ ከመ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ልህቀ በበሕቅ በአካል ወበጸጋ ወዝንቱሰ በእንተ ሥርዓተ ትሥጉት ውእቱ እስመ እግዚአብሔር ቃል ረሰየ ትስብእቶ ይሑር ዘዚአሁ ፍኖተ እስመ እምህላዌ ዚአነ ውእቱ ወውእቱኒ ፈቀደ ይክሥቶ በበህቅ በስብሐተ መለኮቱ ወያዕሪ አካለ ሥጋሁ ምስሌነ ከመ ኢያስተርኢ ዘከመ ውእቱ ነኪረ እምእንለ እመ ሕያው።

፲፫ ወይትህወኩ ብዙኃን ሰብእ በዝንቱ እምዘኢተምህርዎ ወበጽልምትናሆሙ ይብሉ እፎኑ ነአምር መጽሐፈ ዘኢመሀሩነ ንሕነሰ ንብል እስመ ልህቀት በበሕቅ በአካል ወበጸጋ ወበጥበብ ዘሥጋ ውእቱ ወዝ ይደሉ ለዐቅመ እንለ እመሕያው ወበእንተ ህላዌሁሰ ለቃል ንብል ከመ ውእቱ ፍጹም ወኢይፈቅድ ልህቀተ በበሕቅ በጥበብ ወኢበጸጋ ወፈድፋደሰ ውእቱ ይሁብ ጸጋ ወጥበበ ለኵሉ ፍጥረት ወተረፈ ግብራት ዘይሜኒ ለፍጡራን።

፲፬ ወሶበሂ ንቤ ከመ እግዚእ ኢየሱስ ሐመ እስመ ግብረ ሕማም ውእቱ ዘሥርዓተ ሥጋ ወፈድፋደሰ ንብል በእንቲአሁ ዘከመ ይደሉ እስመ ዘሐመ ውእቱ ዘዚአሁ ባሕቲቱ እስመ ለሊሁ ውስተ ሥጋ ሐማሚ እንዘ ኢየሐምም በመለኮቱ።

፲፭ ለሊሁ ሐመ ዘከመ ተህብሎቶሙ ለእለ ዐለውዎ ወለሊሁ ከሀሊ ከመ ኢይሕምም እስመ ዋሕድ ኮነ ከማነ ወመጻሕፍት ዘልፈ ይሰምይዎ ለቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ሰብእ ነአምን ቦቱ ዓዲ ከመዝ ወንኄጽር ሥርዓተ ትስብእት ከመ ውእቱ አምላክ በህላዌሁ።

❖ ❖ ❖

ዘቂርሎስ ም. ፹፩

15 ነዚ ነገረ ምሳሌ'ዚ ከነስተውዕል ይግብኣና። ካብቲ ዝግባእ ውን ኣይንውጻእ። እኳ ደኣ ነዚ በብኽፍሉ ዝተነግረ ትምህርቲ ብኵሉ ሥራሕ ናብ ብዝግባእ ንኣክብ እምበር።

16 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣካልን ብምድልዳል ሕዋሳትን በብንእሽቶ ከምዝዓበየ ኣብ እንዛረበሉ ጊዜ፥ እዚ ብዛዕባቲ ናይ ሰብ ምኻኑ ሥርዓት እዩ። እግዚኣብሔር ንሥጋኡ በቲ ናቱ መገዲ ከምዝኸይድ ጌርዎ እዩሞ፥ ካብ ናትና ባህርይ ዝተረኽበ ስለዝኾነ ንሱስ ብኽብሪ ጐይትነቱ በብቑሩብ ክገልጾ ፈተወ። ካብ ሰብ ፍሉይ ኮይኑ ንከይርኢ ውን ንናይ ሥጋኡ ኣካል ምሳና ሓደ ንክገብሮ ፈተወ።

17 ብዙኃት ሰባት እንተ ዘይተማሂሮም በዚ ይህወኹ እዮም። በቲ ድንቂርናኦም ውን ከይመሃሩና እሞ ከመይ ጌርና መጽሓፍ ክንፈልጥ፡ ይብሉ። ንሕና ግና ብኣካልን ብምድልዳል ሕዋሳትን ብፍልጠትን በብንእሽቶ ምዕባይ ናይ ሥጋ ገንዘብ ከምዝኾነ ንዛረብ። እዚ ውን ንዓኽሚ ሰብ ይግባእ። ብዛዕባ ባህርየ ቃል ግና ንሱ ፍጹም ከምዝኾነ፥ ብፍልጠትን ብምድልዳል ሕዋሳትን በብንእሽቶ ምዕባይ ከምዘየድልዮ ንነግር። እኳ ደኣ ንሱ ምድልዳል ሕዋሳትን ጥበብን ኻቦሉ ፍጥረት ይህብን፥ ንፍጡራን ዝሰማማዕ ዝተረፈ ሃብቱ ይዕድልን እምበር።

18 ዋላ እኳ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝሓመመ እንተተዛረብና፥ ሕማም ኮነ ሞት ናይ ሥጋ ገንዘብ ስለዝኾነ እዩ። ብዝያዳ ውን እቲ ዝሓመመ ናቱ ሥጋ ጥራሕ እዩሞ ንእኡ ከምዝግባእ ጌርና ንዛረበሉ ኣሎና። ምኽንያቱ ብመለኮቱ ዘይሓምም እንከሎ ኣብ ሓማሚ ሥጋ ተዋሒዱ ዘሎ ንሱ ስለዝኾነ እዩ።

19 እቶም ዝኸሓድዎ ኣይሁድ ከምቲ ድፍረ ቶም፥ ንሱ መከራ ተቐበለ። ንሱ ውን ዘይሓምም ምኻን ይከኣሎ ነይሩ እዩ። ንሱ ከማና ሰብ ኮይኑ እዩሞ ቃል እግዚኣብሔር ሰብ ከምዝኾነ መጻሕፍቲ በብዓንቀጹ ይዛረቡሉ እዮም። ንሕና ውን ሰብ ከምዝኾነ በዚ ንኣምን። ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፥ ነቲ ሥርዓተ ትስብእት(ሰብ ምኻኑ) ነስተውዕል ኣሎና።

ዘቴዎዶስዮስ ም.፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ምዕራፍ ፹፪ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 82 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቴዎዶስዮስ ተአማኒ በጽድቅ ውስተ ጦማረ መልእክቱ እንተ ጸሐፉ ሶበ ተሠይመ ሊቀ ጳጳሳት ዲበ መንበረ እለ እስክንድርያ ወፈነዋ ኀበ ንጹሕ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ።	1 ብሓቀኛ ሃይማኖት ዝኣምን ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ኣብ መንበረ እስክንድርያ ምስ ተሾመ፡ መልእኽቲ ጽሒፉ ናብ ንጹሕ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ናይ ኣንጾኪያ ኣብ ዝለኣኾ ከምዚ በለ።
፪ አአምን በእግዚአብሔር ቃል ከመ ውእቱ ዕሩይ በመለኮት ምስለ እግዚአብሔር አቡሁ ዘሀሎ ምስሌሁ በኵሉ መዋዕል ብርሃን ዘእምብርሃን ጻድቅ ዘእምጻድቅ አርአያሁ ለአብ ሕያው ዘቦቱ አካል ውእቱ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ንከሥት ምሥጢረ ለዘይሰምዕ ጥበበ በፍቅር ዓቢይ።	2 ብኵሉ ዘመን ምስቲ ምስኡ ዘሎ ኣቦኡ እግዚኣብሔር ብባህርይ ሓደ ከምዝኾነ ብእግዚኣብሔር ቃል ይኣምን እየ። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ንሕያው **ኣብ** ዝመስሎ፡ ኣካላዊ ቃል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ብፍጹም ፍቕሪ፡ ነቲ ሃይማኖት ዝመሃር ዝርዳእ ምሥጢር ንገልጽ ኣሎና።
፫ ንሕነሰ ተምህርነ ከመ ቃል ዘውእቱ አምላክ በህላዌሁ ወውእቱ ኮነ ሰብአ ዘበአማን እንዘ አምላክ ውእቱ ለሊሁ አንደየ ርእሶ በፈቃዱ ወበሥምረቱ ወኢኀደገ ምንተኒ እምነ ትስብእቱ ወዳእሙ ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ።	3 ንሕናስ እቲ ብባህሪኡ ኣምላኽን ሓቀኛ ሰብን ዝኾነ ንሱ ኣካላዊ ቃል ኣምላኽ እንከሎ፡ ንሱ ብፍጹም ፍቕዱ ሰብ ከምዝኾነ ተማሂርና ኢና። ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ እምበር ካብ ነፍስን ሥጋን ምንም ኣይኃደገን።።
፬ ወኢተወለጠ አካለ ሥጋ ዘውእቱ ዕሩይ ምስለ ህላዌ ዚአነ በተወክፎ ሕማማት ወቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ነሥአ አርአያነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ እስመ መጻሕፍት ይቤላ ከመ ውእቱ ኢአበሰ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ።ኢሳ ፶፫፡፱። ዮሐ ፰፡፵፮። ፩ጴጥ ፪፡፳፪።፪ቆሮ ፭፡፳፩።	4 እቲ መከራ ብምቕባል ምሳና ሓደ ዝኾነ ኣካል ሥጋ ውን ኣይተለወጠን። እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ውን ኣላቶ። ብዘይካ ሓንቲ ኃጢኣት፡ ብኵሉ ሥራሕ ንኣና ምምሳል ገንዘብ ገበረ። ከመይ ንሱ ከምዘይበደለን ሓሶት ከኣ ኣብ ልሳኑ ከምዘይተረኽበን መጻሕፍቲ ተዛሪቦም እዮም። ኢሳ 53፡9። ዮሓ 8፡46።1ይ ጴጥ 2፡22።2ይ ቆሮ 5፡21።
፭ እስመ ሶበ ተመውዐ ህላዌ ዚአነ በአዳም ቀዳሚ ብእሲ ዓዲመ ለሊሁ ለብሰ ጌራ መዊዕ ማሰነ ሞት በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዳግማይ አዳም ወበእንተዝ ብዑዕ ጳውሎስ ፈቀደ ከመ ይምህረነ ምክንያተ ዘበእንቲአሁ ኮነ መድኃኒነ ሰብአ ወይቤ እስመ ደቂቅ ተሳተፍዎ በሥጋ ወደምወውእቱ ኮነ ከማሆሙ ከመ በሞቱ ያብጥሎ ለዘቦቱ እዘዘ ሞት ዘውእቱ	5 እቲ ባህርና በቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም እኳ እንተተሳዕረ፡ ደኃር ከም ብሓድሽ ዓወት ናቱ ስለዝገበረ፡ በቲ ዳግማይ ኣዳም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሞት ጠፍኡ። ስለዚ ድማ ብዑዕ ጳውሎስ መድኃኒና ሰብ ዝኾነሉ ምኽንያት ንኽምህረና ፈተወ እሞ፥ ምእመናን ብነፍስን ሥጋን ከም ዝመሰልዎን ንሱ ድማ ከምኣቶም ከምዝኾነ ተዛረበ። እዚ ኸኣ ነቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ ሰይጣን ብሞቱ ንኸጥፍእን፡ ነቶም ብኵሉ ዘመናዊም ብባርነት ሞት

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ሰይጣን ወያድኅኖሙ ለእለ እሙንቱ ውስተ ፍርሃተ ሞት አምጣነ ኵሉ መዋዕለ ሕይወቶሙ ሙቁሓን በሞት። ዕብ ፪፡፲፬።	ተታኒዞም ኣብ ፍርሃት ሞት ዝነበሩ ንከድኅኖም እዩ። ዕብ 2፡14።
፮ እመሰ ለነ በህላዌነ ዘሞዐነ ሰይጣን ወእግዚአብሔር ቃል ኢነሥአ ካልአ ህላዌ ዘእንበለ ህላዌ ዚአነ ወረሰዮ አሐደ አካለ ምስሌሁ ወረሰዮ ኢሐማሚ ወኢመዋቴ እምአመ ተዋሐደ በከመ ተህበሉ ሰብእ ዐላውያን ይበሉ ዘንተ እመሰ ከመዝ ውእቱ ከንቱኬ ሃይማኖትነ።	6 ሰይጣን ንኣና ዝሰዓረና ብባህሪና ካብ ኮነ፡ ከምኡ ውን እግዚኣብሔር ቃል ናትና ባህርይ እምበር ካልእ ባህርይ ካብ ዘይተዋሓደ፡ ምስኡ ሓደ ኣካል ካብ ገበሮ፡ ግና ኸ ከምቲ መናፍቓን ደፊሮም ኣይሓመመን ኣይሞተን ዝብልዎ ካብ ዝዋሓድ ጀሚሩ ሕማም ሞት ዘይሰማምየ እንተዝገብሮ እሞ ከምኡ እንተ ዝኸውን ነይሩ እቲ ‘ሓመመ ሞተ’ ኢልና ምእማንና ከንቱ እዩ።
፯ ወአኮ ውእቱ ግብር ዓቢይ ከመ ይማየ እግዚእ ለሰይጣን ሶበ አኮ እግዚእነ ክርስቶስ ለብሰ ዘተመውዐ ቅድመ ወቦቱ ተወክፈ ሕማማተ ዘአልቦቱ ጌጋየ በሥጋ ዘይትዔረይ ምስሌነ በህላዌ እምኢተነክረ ተወክፎቱ ሕማማተ ወሶበ አኮ አማሰኖ ለሞት በሥጋሁ እምኢማሰነ ቀኖቱ ለሞት ዘውእቱ ኃጢኣት ወዓዲ እምኢበጠለ ሥልጣኑ ለሞት።	7 ጐይታ ንሰይጣን እንተሰዓሮ ዘገርም ሥራሕ ኣይኮነን። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናቲ ቀደም ተሳዒሩ ዝነበረ ሥጋ እንተዘይዋሓድ፡ በቲ ብባህርይ ምሳና ሓደ ዝኾነ ሥጋ፡ ንሱ እቲ ዕዳ በደል ዘይተረክቦ ብሥጋ መከራ እንተ ዘይቕበል ነይሩስ፡ እቲ መከራ ምቕባሉ ኣይምተደንቀን ነይሩ። ንሞት ብሥጋኡ እንተዘየጥፍኦ ነይሩ፡ እቲ ንሞት ዘሰልጥን ኃጢኣት ኣይምጠፍኦን ነይሩ። ሥልጣን ሞት ውን ኣይምተሣዕረን ነይሩ።
፰ እመሰ ወፅአ እምዘርአ ዳዊት ወነሥአ አርአያነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ንሕነሰ እንከ አኃዊሁ በጽድቅ በከመ ይቤ ጳውሎስ ጠቢብ። ዕብ ፪፡፲፮።	8 ካብ ዘርኢ ዳዊት ካብ ተወልደን፡ ብዘይካ ሓንቲ ኃጢኣት ንኣና ምምሳል ገንዘብ ካብ ገበረን እምበኣር ከምቲ ፈላጥ ጳውሎስ ዝበሎ፡ ንሕና ብሓቂ ኣኀዋቱ ንበሃል ኢና። ዕብ 2፡16።
፱ ወለሞት ተወክፎ በፈቃዱ በሥጋሁ ዘውእቱ ሕማሚ በህላዌነ ወበተወክፎቱ ሕማማተ ዚአነ እንዘ አልቦቱ ጌጋይ ሞያ በጽድቅ ለዘቦቱ ሥልጣነ ሞት።	9 ብናትና ባህርይ ዝሓመመ ንሱ ብፍቓዱ ብሥጋኡ ሞት ተቐቢሉ፡ በደል ዘይብሉ ከሎ ናትና መከራ ብምቕባሉ ነቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ ዲያብሎስ ብሓቂ ሰዓሮ።
፲ ወበህላዌ መለኮቱሰ ኢሐማሚ ውእቱ ጥዩቀ እፎኑ ኢንትሜካሕ በዝንቱ ሙዓተ ወናሁ ንሕነ ወፃእነ እምቅንየተ ግብርናት ወመኑ ውእቱ ዘኢያነክር እምሥጢረ መጻሕፍት ወኢይሰድዶ ለአውጣኪ ወኢያርሕቆ ለዑቱ ወለኵሉ ዘይሔሊ ዕበደ ዚአሁ።	10 ብባህርየ መለኮቱ ግና ሕማም ሞት ዘይብሉ እዩ። በዚ ዓወት እዚ ከመይ ኣይንምካሕን! እንሆ ንሕና ንኃጢኣት ንሞት ካብ ምግዛእ ደኃንና። ናቲ ንምሥጢረ መጻሕፍቲ ዘየድንቕ ኣውጣኪን፡ ናቱ ክሕደት ዝኃዘ ኵሉን ኣውጊዙ ዘይፈሊ መን እዩ፡

ዘቴዎዶስዮስ ም.፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፲፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ በድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ዕሪት ወበእንተ ረሲዓን እለ ነበሩ በመዋዕሊሁ ወውእቱ ድርሳን ዘደረሰ እምድኅረ ስደቱ።	11 እዚ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎዶስዮስ÷ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ንምርዳእ፣ ከምኡ ውን ኣብ ዘመኑ ናይ ዝነበሩ መናፍቓን ነገር ንምግላጽ ኣብ ዝደረሰ ድርሳኑ ደጊሙ ከምዚ በለ። እዚ ድርሳን እዚ ድኅሪ ስደቱ ዝደረሰ እዩ።
፲፮ ይቤ ቅዱስ ኢሳይያስ ልዑለ ቃል ሶበ ነጸረ ስብሐተ እግዚኣብሔር ዓቢይ ርኢክዎ ለእግዚኣ ኃይላት እንዘ ይነብር ዲበ መንበር ዓቢይ ወልዑል ጥቀ ወሱራፌል ይቀውሙ ዐውዶ ወለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ቦ ፮ቱ አክናፍ በ፪ቱ እምኔሆሙ ይከድኑ ገጸሙ ወበ፪ቱ ይከድኑ እግሮሙ ወበ፪ቱ ይሰሩ አንጻረ ኀቡረ በ፩ዱ ቃል ፩ዱ ድኅረ ፩ዱ እንዘ ይጸርሑ ወይብሉ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣ ብሔር እግዚኣ ኃይላት። ኢሳ ፮፡፩-፬።	12 ነገሩ ኣብ ኮሉ ዝበጽሐ ቅዱስ ነቢይ ኢሳይያስ ናይ እግዚኣብሔር ፍጹም ጐይትነት ምስ ርኣየ÷' ንፈጣሬ መላእኽት ኣብቲ ልዑም ግሩም ዙፋኑ ተቐሚጡ ረኣኽዎ፣ ኣብ ዙርያኡ ሱራፌል ቆይሞም ነበሩ። ካብኣቶም ነፍስ ወከፎም ሸሽዱሽተ ክንፊ ኣለዎም። ካብቲ ሽዱሽተ ድማ ብክልተ ክንፊ ገጾም ይሸፍኑ፣ ብክልተ ክንፊ ኣእጋሮም ይሸፍኑ፣ ብክልተ ክንፊ ድማ ሓቢሮም ናብ ሓደ ንቐድሚት ይነፍሩ። ሓደ ድኅሪ እቲ ሓደ ብሓደ ቃል ዓው ኢሎም ድማ **ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ** እግዚኣብሔር ናይ መላእኽት ፈጣሪ ይብሉ ነበሩ' በለ። ኢሳ 6፡1-4።
፲፯ ይቄድሱ ቅድመ ፫ተ አስማተ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወሶበ ፈቀዱ ያጠይቁነ ፍጻሜ ይብሉ እግዚኣ ኃይላት ዘውእቱ ፩ዱ አምላክ ወይብሉ ከመ ውእቱ ፩ዱ ወ፫ቱ ወውእቱ ፫ቱ በአካላት ወበገጻት ወውእቱ ፩ዱ በመለኮት ሥሉስ ቅዱስ ፩ዱ እሙንቱ ሎሙ ፩ዱ ምልክና ወ፩ዱ ስብሐት ወ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ መንግሥት።	13 ኣቐዲሞም ንሠለስተ ኣስማት የመስግኑ÷ ንሳቶም ከኣ ብገጽ ብኣካል ሠለስተ ንዝኾኑ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ሓድነት ከረድኡና ምስ ፈተዉ ድማ ‹ናይ መላእኽት ፈጣሪ› ይብሉ። እዚ ኸኣ ሓደ ኣምላኽ ማለት እዩ። ሓደ ከምዝኾነ፣ ሠለስተ ውን ከምዝኾነ ይዛረቡ። ብኣካል ብገጽ ሠለስተ እዩ፣ ብመለኮት ሓደ እዩ። ሥሉስ ቅዱስ ሓደ እዮም። ሓደ ኣገዛዝኣ፣ ሓደ ጐይትነት፣ ሓደ መለኮት፣ ሓደ መንግሥቲ ናቶም እዩ።
፲፰ ኢሀለው አብ መዋዕለ ዘእንበለ ወልድ ወእምዝ ወለደ ወልደ ወአሥረፀ መንፈስ ቅዱስ አላ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ቀዳማውያን እሙንቱ ወልድኒ ተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ወመንፈስ ቅዱስኒ ወፅአ እምኔሁ ሥሉስ ቅዱስ ኢፍጡራን ኢኮነ ወልድ ፍጡረ አላ ውእቱ ተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ወመንፈስ ቅዱስኒ ወፅአ እምኔሁ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬። ፲፭፡፳፮። ፲፮፡፳፯።	14 **አብ** ካብ ወልድ ተፈልዩ ዝነበረሉ፣ ደኃር ነይሩ ነይሩ ንወልድ ዝወለደሉን ንመንፈስ ቅዱስ ዘሥረፀሉን ዘመን የልቦን። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ብቐድምና ዝነበሩ እዮም እምበር። ወልድ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ተወልደ፣ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ተረኽበ። ሥሉስ ቅዱስ ዘይተፈጥሩ እዮም። ወልድ ፍጡር ኣይኮነን፣ ንሱ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ተወልደ እምበር። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኡ ተረኽበ እምበር። ዮሓ 1፡1-14። 15፡26። 16፡27።

ዘቴዎዶስዮስ ም.፫፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
፲፭ ንሕነሰ ንጉየይ እምዝኩ ቃል መሪር ዘጸላኤ ጽድቅ ወልደ ሰይጣን አርዮስ ዘኢይደሉ ይዝክሩ ስሞ እስመ ሠራዊተ ሰማያት ርዕዱ ሶበ ሰምዑ ቃሎ መሪረ ዘነበበ እንዘ ይብል ከመ ወልደ እግዚአብሔር ፍጡር ውእቱ ወኢንትዌከፍ ሥርዓተ ተቃራንያኒሁ ለመንፈስ ቅዱስ እለ ይጸልዕዎ ወይብሉ ከመ ቦ ካልእ ዘይኤዝዞ ወይፈስዩ ሕጸጸ ለሥሉስ ቅዱስ ወእሉ ዐላውያን እኩያን።	15 ንሕናስ፥ ካብቲ ስሙ ኽጽውዕዎ ዘይግባእ፥ ንሰይጣን ናይ ግብሪ ወዱን ጸላኢ ጽድቅን ዝኾነ አርዮስ ካብ ዝተዛረቦ መሪር ነገር ንርሓቕ ንፈለ። ከመይ እቶም አብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ እኳ ነቲ ንወልደ እግዚአብሔር ፍጡር እዩ ኢሉ ዝተዛረቦ መሪር ቃሉ ምስ ሰምዑ ሰንቢዶም እዮም። ክሕደት ናይቶም ንመንፈስ ቅዱስ ዝኽሕዱን ዝቃወሙን፥ ‹ካልእ ዝእዝዞ ኣለዎ› ዝብሉን አብ ሥሉስ ቅዱስ ሕፀፅ (ጉድለት) ዝዛረቡን መናፍቓን ኣይንቕበልን ኢና። እዞም መናፍቓን ዝተረግሙ እዮም።
፲፮ ወካዕበ ኢንትዌከፍ ቃሎ ዘምሉእ መርገመ ለሰባልዮስ ርጉም ዘይቤ ከመ ሥሉስ ቅዱስ ፩ዱ አካል ወአኮ ከመ ዘመሀሩነ እልክቱ ሱራፌል እለ ብዙኃት አዕይንቲሆሙ ወእለ ኢይክሉ ይክሥቱ ገጸሙ ከመ ይርአዩ ውእተ እሳተ ዘውእቱ እግዚአ ኃይላት ዘምሉእ ሰማያት ወምድር እምነ ስብሐቲሁ ወዘይኔጽራ ለምድር ወይፈስያ ከመ ትርዓድ ። መዝ ፺፬(፺፫)፡፴፪።	16 ከምኡ ውን ነቲ 'ሠለስቲኣም ብኣካል ሓደ እዮም' ዝብል ቃል ናይቲ ዝተጸልአን መርገም ዝተመልአን ሰባልዮስ ኣይንቕበልን ኢና። እቶም ብዙኀ ዘዓይኖምን ነቲ ሓዊ ንክርእዩ ገጾም ክቕልዑ ዘይክእሉን ሱራፌል ዝመሃሩና ግና ከምዚ ኣይኮነን። ሰማይን ምድርን ካብ ጕይትነቱ ዝመልኡ፥ ንምድሪ ብዓይኒ መዓት ዝርእያ ከም ትርዕድን ተንቀጥቀጥን ዝገብራ ናይ መላእኽቲ ፈጣሪ ንሱ እዩ። መዝ 104 (103)፡32።
፲፯ እግዚአብሔር ቃል ዘውእቱ ውስተ ሕፅነ አቡሁ ወይትዔረዮ ዘልፈ ወረደ እምሰማያት ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ወኮነ ሰብአ ከማነ አኮ በምትሐት አላ ዘበአማን በእንተ መድኃኒተ ትዝምደ ሰብእ ነሥአ ሥጋ እምህላዌነ ወኮነ አሐደ ምስሌነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወውእቱ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወረሰዮ ለሥጋ አሐደ አካለ ምስሌሁ ዘእንበለ ትድምርት ወኢተስሕት ዘእንበለ ውላጤ ወኢሚጠት።	17 ምስ ኣቦኡ ማዕረ ዘሎ፥ ኮሉ ሳዕ ምስኡ ሓደ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል፥ ካብ ሰማይ ወሪዱ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ከማና ሰብ ኮነ። ንባህርይ ሰብ ከድጎን ብሓቂ ሰብ ኮነ እምበር ብምትሓት ኣይኮነን። ካብ ባህሪና ሥጋ ወሰደ። ብዘይካ ሓንቲ ኃጢኣት ምሳና ሓደ ኾነ። እቲ ሥጋኡ ውን እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ፥ ናይ ነፍሲ ፍልጠት ዘለዎ እዩ። ነቲ ሥጋ ውን ብዘይ ምልዋጥን ብዘይምትሕውሳን ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ገበሮ።
፲፰ ወኢተመይጠ መለኮት ለከዊነ ትስብእት ወኢሜጠ መለኮት ለሥጋ ወኢተመይጠ ሥጋ ኀበ መለኮት አላ ለለ፩ዱ ፩ዱ ህላዌያት ጽኑዓን በዘዚአሆሙ ወአኮ ፍሉጣን እሙንቱ ዘከመ ባህሉ ለንስጥሮስ ርጉም ፀረ እግዚአብሔር ዘከፈሎ ለዘኢይትከፈል	18 መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። መለኮት ንሥጋ ኣይለወጠን። ሥጋ ውን ናብ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን። እቶም ባህርያት ነፍስ ወከፎም ብዘይ ምልዋጥ በብገንዘቦም ጸኒያም ይነብሩ እምበር። እንተኾነ ግና ከምቲ እቲ ጸላኢ እግዚአብሔር ርጉም ንስጥሮስ ‹ድጎሪቲ ዘይምርመር

ዘቴዎዶስዮስ ም.፻፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ለ፩ዱ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወረሰዮ ለእግዚአብሔር ክልኤተ ህላዌያተ ህየንተ ወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወከፈሎ ለእግዚአብሔር ዘኢይትከፈል ወአብጽሐ ርባዔ ህየንተ ሥላሴ።	ተዋሕዶ፥ ኑቲ ዘይክፈል ሓደ ክርስቶስ ናብ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝኸፈሎ ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወልድ እዩ ክንዲ ምባል ንእግዚአብሔር ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝገበሮ፡ ኑቲ ዘይክፈል እግዚአብሔር ዝኸፈሎ፡ ሠለስተ ክንዲ ምባል ውን ኣርባዕተ ኣካል' ዝበሎ፥ ዝተፈላለዩ ኣይኮኑን።
፲፱ ይቤ ዝኩ ርኩስ ይደልወነ ከመ ንእመን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወክርስቶስ ወዝኩ ክሕደ ቃለ አምላካዊ ዘይጸርሕ በወንጌል ቅዱስ ወይብል አነ ወአብ ፩ዱ ንሕነ ወካዕበ ይቤ ዘርእየ ኪያየ ርእዮ ለአቡየ እመሰ ንቤ ከመ እግዚአብሔር ፪ቱ ህላዌያት ዘከመ ንባበ ዝኩ ረሲእ ንስጥሮስ ለመኑ ንሰግድ ለአምላክኑ ወሚመ ለአማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ። ኢሳ ፯፡፲፬። ማቴ ፩፡፳፫።	19 እቲ ርኹስ ንስጥሮስ፥ ኣርባዕተ ጌርና **ብአብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ፡** ብክርስቶስ ክንኣምን ይግባእ በለ። ንሱ ኑቲ ኣብ ቅዱስ ወንጌል 'ኣነን **አብ** ሓደ ኢና፡ ንኣይ ዝረኣየ ነቦይ ረኣየ' ዝብል ኣምላኻዊ ቃል ከሓደ። ከምቲ ኣብ ወንጌል ንዝተነግረ ዝዘንግዐ ንስጥሮስ ዝበሎ፥ እግዚአብሔር ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ እዩ እንተኢልና ደኣ እሞ ንመን ኢና ክንሰግድ፡ ንኣምላኽዶ ወይሲ ንሰብ፡ ንዕሩቕ ብእሲ ዲና ክንሰግድ ዋላስ ኑቲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ዝተባህለ ንኣማኑኤል ኢና ክንሰግድ፡ ኢሳ 7፡14። ማቴ 1፡23።
፳ እመሰ ንቤ ከምዝ ወናወዕእ ፍልጠተ ያስተነፍረነ ቃለ አብ ዘጸርሐ በዮርዳኖስ እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ዘቦቱ ሠመርኩ ኢይቤ ውእቱ ወልደ ማርያም ባሕቲቱ ዘቦቱ ሠመርኩ አላ ይቤ ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፍቅር አኮ ዘከመ ትስብእቱ አላ ዘከመ መለኮቱ አኮ ውእቱ ወልደ ማርያም በመለኮት አላ ዘከመ ሥርዓተ ትስብእት ዘነሥአ እማርያም ወላዲተ አምላክ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ።	20 ከምዚ ኢልና ምክፍፋል እንተ ደኣ ኣምጺእና፥ 'እቲ ንመሥዋዕትነት ዝኃሬ ኽዎ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ' ዝብል ኣብ ዮርዳኖስ ዝተነግረ ናይ **አብ** ቃል ከሕፍረና እዩ። ፈልዩ ንመሥዋዕትነት ዝኃረኽዎ ወዲ ማርያም እዚ እዩ ኣይበለን፡ ሓደ ጌሩ ደኣ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ በለ እምበር። ወደይ ምባሉ ኣምላኽ ከም ምኻኑ ደኣ እምበር ከምቲ ሰብ ምኻኑ ኣይኮነን። በቲ ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ካብ ወላዲተ ኣምላኽ ማርያም ብዝወሰዶ ሥጋ ሥርዓት እዩ እምበር ብመለኮት ወዲ ማርያም ኣይኮነን።
፳፩ ወኮነ ምስለ ሥጋ አሐደ በ፩ዱ አካል ወተወክፈ እግዚአብሔር ቃል ሕማማተ ዘምሉእ መድኃኒተ በሥጋሁ ቅዱስ እንዘ ውእቱ ፩ዱ አካል ሐመ በሥጋሁ ከመ ሰብእ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት ሕማመ ዘአልቦቱ ኃጢአት ዘውእቱ ረኀብ ወጽምእ ወድካም እምሐዊረ ፍኖተ ሁከት ወትካዝ ወተቀጽሎ አክሊል ዘሦክ ወወሪቅ	21 ሓደ ኣካል ብምኻን ምስ ሥጋ ሓደ ከምዝኾነ፡ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ኣካል ኮይኑ ቡቲ ክቡር ሥጋኡ ድኅነት ዝመልኣ ሕማም ተቐበለ። ብመለኮት ዘይሓምም ከሎ ሰብ ስለዝኾነ ዕዳ ዘይብሉ ሕማም ብሥጋ ሓመመ። እዚ ድማ ጥሜት፡ ጽምኢ፡ መገዲ ብምኻድ ድኻም፡ ኃዘን፡ ትካዘ፡ ኣኽሊል እሾኽ ምድፋእ፡ ኣብ ገጹ ጥፍጣፍ ምቐባል፡ ብኢድ ባርያ ምጽፋዕ፡

ዘቴዎዶስዮስ ም.፻፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ምራቀ ውስተ ገጹ ወጽፍዐት እምነ ወዐሊ ወቅንዋት እለ ተቀነዋ በእደዊሁ ወእግሪሁ ቅዱሳት ወብጹዕ ዘሰትየ ዲበ ዕፅ ሶበ ይቤ ጸማእኩ ወሞት በሥጋሁ ቅዱስ ዲበ ዕፀ መስቀል ቅዱስ ዘተወክፎ ለመድኃኒተ ዚአነ ዘንተ ኵሎ ተወክፈ እግዚአብሔር ቃል በሥጋሁ ቅዱስ በሥርዓት ዘሥጋ ዘኮነ ምስሌሁ አሐደ በኍዱ አካል። ኢሳ ፶፡፯። ፶፫፡፲፩።	ቅዱሳት ኣእዳዉን ኣእጋሩን ዝተሸንከሮ ቅንዋት፡ ኣብ መስቀል ጸማእኩም ምስ በለ ዝሰተዮ መጺጽ ሓሞት፡ ከምኡ ውን ንምድኃንና ኣብ ክቡር መስቀል ብሥጋኡ ዝተቐበሎ ሞት እዩ። ነዚ ኵሉ እግዚኣብሔር ቃል ምስቲ ሓደ ኣካል ብምኻን ምስኡ ሓደ ዝኾነ ብቅዱስ ሥጋኡ ብሥርዓተ ሥጋ ተቐበለ። ኢሳ 50፡7። 53፡11።
፷፪ ወውእቱ ውዑእ እምዝንቱ ኵሉ በመለኮት ዘኢይትረከብ ሐመ ከመ ሰብእ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር ወኢንፈልጦ ዘከመ ዝኩ ካልእ ጸላኢ ልዮን ርጉም ዘተሀበለ ወፈለጠ ለዘኢይትፈለጥ ወይቤ ፪ቱ ህላዌ ወ፪ቱ ሥምረት ወ፪ቱ ፈቃድ ወ፪ቱ ምግባር ለ፭ዱ ክርስቶስ።	22 በቲ ዘይምርመር መለኮቱ ግና ካብዚ ኵሉ ዝረሓቐ እዩ። ብመለኮት ዘይሓምም እንከሎ ሰብ ብምኻኑ ሓመመ። ከመይ ኣምላኽ ወዲ ኣምላኽ ስለዝኾነ። ከምቲ ነቲ ዘይፍለ ደፊሩ ዝፈለየ፡ ‹ንሓደ ክርስቶስ ክልተ ባህርይ ክልተ ድላይ ክልተ ፍቓድ ክልተ ሥራሕ ኣለዎ› ዝበለ ዳግማይ ጸላኢ ርጉም ልዮን ኣይንፈልዮን ኢና።
፷፫ ይቤ ዝኩ ረሲእ ከመ ፭ዱ እም፪ቱ ህላዌያት ዘውእቱ ዘመለኮት ይገብር ኵሎ ግብረ ዘመለኮት ዘውእቱ ፈውሶ ድውያን አንጽሖ እለ ለምጽ አርእዮ ዕውራን አጥዕዮ መፃጉዓን ወሐንካሳን ለሐዊር ወአንሥኦ ምውታን ወተረፈ ምግባራት ልዑላት ይፈስዮሙ ለመለኮት ወለዘይቴሐት ምግባር ይፈስዮ ለትስብእት ዘውእቱ ረኀብ ወጽምእ ወድካም እምሐዊረ ፍኖት ወጽፍዓት እምእደ ወዐሊ ወተቀንዎ ዲበ ዕፀ መስቀል ወመዊት ዘምሉእ መድኃኒተ ዘንተ ኵሎ ይቤ ዝኩ ረሲእ ወርጉም ልዮን ዐላዊ ከመ ዘትስብእት ውእቱ ወፈለጠ ዘመለኮት እምዘትስብእት ወረሰየ ዘይትሌዐል ለመለኮቱ ወዘይቴሐት ለትስብእቱ።	23 ናይ ወንጌል ሥራሕ ዝዘንግዐ ልዮን ክዛረብ ከሎ፡ ካብ ክልተ ባህርያት እቲ ሓደ ባሕርየ መለኮት ናይ መለኮት ሥራሕ ይሠርሕ። እዚ ኸኣ ድውያን ምፍዋስ፡ ለምጻማት ምንጻሕ፡ ዕውራን ከም ዝርእዩ ምግባር፡ ልሙሳት ሓንካሳት ቀኒያም ከምዝኸዱ ምግባር፡ ንዝሞቱ ምትንሣእ እዩ በለ። ካልእ ዝተረፈ ሥራሕ ተኣምራት ኵሉ ውን ንመለኮት ይህብ። እቲ ትሑት ሥራሕ ግና ንባህርየ ሥጋ ሂቡ ይዛረብ። እዚ ኸኣ ምጥማይ፡ ምጽማእ፡ መገዲ ብምኻድ ምድካም፡ ብኢድ ባርያ ምጽፋዕ፡ ኣብ መስቀል ምሽንካርን ድኅነት ዝተገብረሉ ሞትን እዩ። ኵሉዚ ድማ ናይ ሥጋ ገንዘብ ከምዝኾነ እዚ ርጉም ልዮን ተዛረበ። እቲ ዝለዓለ ንመለኮት፡ እቲ ዝተሓተ ድማ ንትስብእት ሂቡ ተዛረበ።
፷፬ ይቤ ርጉም ፪ቱ ምግባራት ወ፪ቱ ህላዌያት ወእምዝ ይቤ ፭ዱ አካል ወበዝንቱ ፈቀደ ርጉም ይኅባእ ርስዐቶ በብሂሎቱ ፭ዱ አካል በከመ ገብረ አቡሁ ጳውሎስ ሳምሳጢ ምስለ ቅዱስ	24 ርጉም ልዮን 'ክልተ ሥራሕ ክልተ ባህርይ እዩ' ድኅሪ ምባል ሓደ ኣካል በለ። እዚ ርጉም፡ ነቲ ክልተ ዝበሎ ሓደ ኣካል ብምባል ክሥውሮ ደለየ። ንሱ ከምቲ ኣቦኡ ጳውሎስ ሳምሳጢ ምስ

ዘቴዎዶስዮስ ም.፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ዲዮናስዮስ ከመ ዝንቱ ይብል እስመ ዝንቱ እምነት ውእቱ ዘዝኩ ርጉም ሶበ ጦሥዐ ቦቱ ነገረ ዲያብሎስ አቡሁ።	ቅዱስ ዲዮናስዮስ ምስ ተኸራኸረ ዝገበሮ ከምኡ ይብል። ምክንያቱ ኣቦኡ ዲያብሎስ ነገረ ክሕደት ምስ ኣፍለቐ ዝበሎ ናይ'ዚ ርጉም ጳውሎስ ሳምሳጢ ሃይማኖት እዚ እዩ።
፭፭ ይቤሎ ዝኩ ርኩስ ለቅዱስ ዲዮናስዮስ ከመ ውእቱ ይብል ቦቱ ለእግዚአብሔር ቃል ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ ምግባራት ወ፪ቱ ፈቃዳት እንዘ ፩ዱ አካል ወአብአ ዝኩ ርኩስ ዘንተ አሐደ አካለ ከመ ያስሕት ሰማዕያኒሁ ሶበ ዘከረ አሐደ አካለ ።	25 እቲ ርኹስ (ሳምሳጢ ጳውሎስ)፥ 'እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ክኸውን ከሎ ክልተ ባህርይ ክልተ ሥራሕ ክልተ ፍቓድ ኣለዎ' ኢሉ ከምዝኣምን ንቅዱስ ዲዮስቆሮስ ነገሮ። እቲ ርኹስ ሓደ ኣካል ብምባል ነቶም ዝሰምዕዎ ሰባት ንክስሕት ‹ሓደ ኣካል እብል ኣሎኹ› በለ።
፭፮ ወባሕቱ ዝንቱሰ መዋዒ በሕሊናሁ ቅዱስ ዲዮናስዮስ ነገረ ሃይማኖቶ ርትዕተ እንዘ ይብል በቃል ልዑል ይደልወነ ከመ ንእመን በቃለ እግዚአብሔር ወልድ ዋሕድ ዘእግዚአብሔር አብ ዘይትዔረዮ ለእግዚአብሔር በመለኮት ወውእቱ ይትዔረየነ በትስብእት ዘተወክፎ ዘእንበለ ኃጢአት ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ ወውእቱ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወነሥአ ፍጹመ ትስብእተ ዘእንበለ ኃጢአት ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ።	26 ረቂቕ ዝኣእምሮኡ ቅዱስ ዲዮናስዮስ ግና፥ 'በቲ ንእግዚኣብሔር **አብ** ሓደ ወዱ፣ ንእግዚኣብሔር **አብ** ብባህርይ ዝመስሎ፣ ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ዝተወልደን ብሥጋ ንኣና ዝመስልን ብእግዚኣብሔር ቃል ከምዚ ኢልና ክንኣምን ይግባኣና። ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ እዩ። እቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ፣ ናይ ነፍስ ፍልጠት ዘለዎ እዩ። ብዘይ ዘርኢ፣ ሥጋ ተዋሒዱ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ገበሮ' ክብል ብልዑል ቃል ነታ ቅንዕቲ ሃይማኖቱ ተዛረበ።
፭፯ ውእቱሰ ፩ዱ እምቅድመ ይሠጎ ወዓ ዲመ ፩ዱ ውእቱ እምድኅረ ተሠገወ ወገብረ ተአምራተ ልዑላተ በሥልጣኑ መለኮታዊ ወተወክፈ ሕማማተ በሥጋ ዘረሰዮ አሐደ ምስሌሁ ወበእንተ ዝንቱ ገብረ ተአምራተ ወኮነ ውእቱ ከመ ፩ዱ እምነቢያት እለ ቦሙ መሰልዎ ሰብአ ምትሓት መነናውያን ወአውጣ ኪያውያን ወ፩ዱ እምኔሆሙ ዩልያኖስ ፈረሳዊ ዘይቤ ከመ እግዚአብሔር ቃል ኢሐመ በሥጋሁ እምቅድመ ስቅለት።	27 ንሱስ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ሓደ እዩ፥ ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ሓደ እዩ። ብባህርየ ሥልጣኑ ዓበይቲ ተኣምራት ገበረ፣ በቲ ምስኡ ሓደ ዝገበሮን ዝወሰዶን ሥጋ ውን መከራ ተቐበለ። በዚ ድማ ተኣምራት ገበረ። እቶም ምትሓት ዝብሉ መነናውያንን ወገናት ኣውጣኪን ንእኡ ከም ዝመሰልዎ ከም ሓደ ካብ ነቢያት ኣይኮነን። ሓደ ካብዚኣም ውን 'ቅድሚ ስቕለት እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋኡ መከራ ኣይተሰምየን' ዝበለ ፈረሳዊ ዩልያኖስ እዩ።
፭፰ አኮ ውእቱ ከመ ፩ዱ እምእልክቱ ቅዱሳን ነቢያት ዘይቤ ለእለ ለምጽ በስመ እግዚአብሔር ንጽሑ ወዓዲ	28 ንሱ ከም ሓደ ካብቶም ቅዱሳን ነቢያት ኮይኑ ነቶም ለምጻማት ‹ብስም እግዚኣብሔር ንጽሑ› ዝበለ ኣይኮነን። ከምኡ ውን ‹ነቶም ካብዞም ሰባት እተውጽኣና እንተ

ዘቴዎዶስዮስ ም.፻፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
ለእለ ይብልዎ እመሰ ታወጽአነ ፈንወነ ንባእ ውስተ አኀርው ኢይቤሎሙ በስመ እግዚአብሔር ሑሩ አላ ከመ ውእቱ እግዚአ ኵሉ ይቤሎሙ ሑሩ ወብዙኀ ተአምራተ ገብረ ከመዝ በሥልጣኑ መለኮታዊ ወዓዲመ ተወክፈ ሕማማተ እንተ ምልእት መድኃኒተ። ማቴ ፳፫፡፴፭ ።	ኼንካስ ኣብዘን ሓሰማታት ክንኃድር ስደደና ንዝበልዎ ኣጋንንቲ፡ 'ብስም እግዚኣብሔር ኪዱ' ኣይበሎምን። ፈጣሪ ኵሉ ብምኻኑ ደኣ 'ኪዱ' በሎም እምበር። ብሥልጣነ ኣምላኽነቱ ከምዚ ዝበለ ብዙኅ ተኣምራት ገበረ። ከምኡ ድማ ድኅነት ዝመልኣት መከራ ተቐበለ። ማቴ 8፡31።
፳፱ ኢያንጐርጕረ ወኢተቈጥዐ ከመ እልክቱ እለ ኃደረ እግዚአብሔር ውስቴቶሙ በእንተ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር እግዚእ ኵሉ ወኢረገመ ዕለተ ወኢሐመየ ከመ ነቢይ ዓቢይ ኤርምያስ እስመ ሶበ አኀዘ ወአእመረ ሕማማተ ዘይረክቦሙ ለእኁለ እመሕያው ረገመ ወተቆጥዐ ላዕለ ሕዝብ ኃጥአን። ኤር ፩፡፲፬-፲፰።	29 ንኵሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ስለዝኾነ፡ ከምቶም እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ኣየዕ ዘምዘመን ኣይተቈጥዐን። ከምቲ ዓቢይ ነቢይ ኤርምያስ ነታ ዝተወልደላ መዓልቲ ኣይረገመን። ከመይ ኑቲ እስራኤል ዝበጽሖም መከራ ኣቐዲሙ ምስ ፈለጠ ነታ ዝተወልደላ መዓልቲ ረጊምዋን ኣብቶም ኃጥኣን ሕዝቡ ተቈጢዑን እዩ። ኤር 1፡14-18።
፴ ወኢዘከመ ነቢይ ኤልያስ ዓቢይ እስመ ሶበ ቀንአ ቅንአተ ለእግዚአብሔር ወርእየ ከመ ኵሉ አማሰነ ፍኖቶ በቅድመ እግዚአብሔር ወአእመረ ከመ ምሕረተ እግዚአብሔር ኀዱር ውስቴቱ ወዘነበበ ይገብር ሎቱ እግዚአብሔር ሰአለ ከመ ኢይዝንም ዝናም ውስተ ምድር ወሐለየ ነቢይ ቅዱስ ከመ በዝንቱ ይኄስሑ ወይድኅኑ ። ፩ነገ ፲፯፡፩-፳። ያዕ ፭፡፲፯።	30 ከምቲ ዓቢይ ነቢይ ኤልያስ ውን ኣይተቈጥዐን። ንእግዚኣብሔር ኣብ ዝቐ ንኣሉን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኵሉ ሰብ ሕጊ ከምዘፍረሰ ኣብ ዝረኣየሉን ጊዜ፥ከምኡ ውን ረድኤተ እግዚኣብሔር ከምዝኃደሮን ኑቲ ዝዛረቦ እግዚኣብሔር ከምዝገብረሉን ምስ ፈለጠ፥ ኣብ ልዕል ምድሪ ዝናም ከይዘንም ለመነ። እዚ ቅዱስ ነቢይ ተነሲሑም እንተደኃኑ ኢሉ ብምሕሳብ እዩ። 1ይ ነገ 17፡1-8። ያዕ 5፡17።
፴፩ ወበእንተዝ አዘዞ እግዚአብሔር ይጕየይ እምቅድመ ገጸ ኤልዛቤል ይኩን ሠናየ ወመድኃኒተ ለካልኣን ሶበ ይቤ ዝኰ ቃለ እግዚኦ ናሁ ነሥቱ ምሥዋዒከ ወቀተሉ ነቢያቲከ ወኢተርፈ ዘእንበለ ባሕቲትየ ወናሁ የኀሥሠዋ ለነፍስየ ወነገርኒ ዘነበቦ ነቢይ ጽድቅ ውእቱ እስመ በውእቱ መዋዕል ለኵሉ ቅዱስ ዘይሰመይ ብእሴ እግዚአብሔር ወለዘይነብብ ቃለ እግዚአብሔር ሰደደቶሙ ኤልዛቤል ወቀተለቶሙ ከመ ኢይንብቡ ቃለ እግዚአብሔር ። ፩ነገ ፲፱፡፩-፲፩። ሮሜ ፲፩፡፪-፬።	31 ስለዚ ድማ ነዚ ቃል'ዚ 'ኦ ጐይታ እንሆ ኑቲ ንኣኻ ዝሥዋዓሉ ኣፍረሱ፡ ንነቢያትካ ውን ቀተሉ፡ ኣነ በይነይ እየ ተሪፈ ዘሎኹ እምበር ዝተረፈ የልቦን፡ እንሆ ድማ ክቐትሉኒ ይደልዩ ኣለዉ' ምስ በለ ንካልኦት ጽቡቕ ኣብነት ንክኸውን ካብ ቅድሚ ገጽ ኤልዘቤል ክሃድም እግዚኣብሔር ኣዘዞ። እዚ ነቢይ ዝበሎ ሓቂ እዩ። ምክንያቱ በቲ ጊዜ'ቲ ናይ እግዚኣብሔር ወገን ዝበሃልን ቃል እግዚኣብሔር ዝዛረብን ኵሉ ቅዱስ ሰብ፥ ምእንቲ ቃል እግዚኣብሔር ከይዛረቡ ኤልዛቤል ኣቕቲላቶምን፡ ነቶም ዝተረፉ ካብ ሃገር ኣውጺኣ ኣሳዲዳቶምን ነይራ እያ። 1ይ ነገ 19፡1-11። ሮሜ 11፡2-4።

ዘቴዎዶስዮስ ም.፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
፴፪ ወበእንተዝ ኮነ ነቢይ ቅዱስ ይፈቱ ይክዐው ደሞ ከመ ፩ዱ እምኔሆሙ ወይብል ውእቱ አልብየ መፍቅድ ለኃዲር ዲበ ምድር እንዘ ሀለወት ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ወእነሥእ አክሊለ ዘከመ ነቢያት እለ ተቀትሉ በስመ እግዚእ ወዳእሙ ኢሠምረ እግዚአብሔር ጎር ከመ ይኩን ዝንቱ በእንተ ሠናይት እንተ ትከውን በሕይወቱ አላ አሥመሮ ለነቢይ ቅዱስ እንዘ ይብል ብየ አግብርት ዘከማከ ሕያዋን ወእሙንቱ ይቴክዙ ምስሌከ በእንተ ግዘፈ አልባቢሆሙ ለአይሁድ ወለእስራኤል። ፩ነገ ፲፱፥፲፰። ሮሜ ፲፩፥፬።	32 በዚ ድማ እዚ ቅዱስ ነቢይ ከምኡም ብሰማዕትነት ኽመውት ይደሊ ነበረ። 'ሰማያዊት ኢየሩሳሌም እንከላ ኣብዚ ዓለምዚ ኽነብር ፍታው የብለይን፡ ከምቶም ብስም ጐይታ ዝሞቱ ነቢያት ውን ኣኽሊል ሰማዕትነት ክቐበል እየ' ይብል ነበረ። ግና እቲ ለዋህ እግዚኣብሔር፡ ምእንቲ እታ ኤልያስ ብሕይወተ ሥጋ ብምንባሩ እትግበር ሠናይ ሥራሕ እዚ ሞት'ዚ ኣብኡ ክኸውን ኣይፈተወን። ነዚ ቅዱስ ነቢይ ግና 'ጣኦት ዘየምልኹ ከማኻ ዝበሉ ፈተውቲ ኣለዉኒ፡ በቲ ትሪ ልቢ ኣይሁድን እስራኤልን ውን ከማኻ ዝኃዝኡ እዮም' ክብል ኣሐጕሶ። 1ይ ነገ 19፡18። ሮሜ 11፡4።
፴፫ ወባሕቱ ኢየኀድጎሙ ይቅትሉከ እስከ ታቀውም ሊተ ስምዐ ይእዜ ዲበ ዝንቱ ሕዝብ ግዙፈ ክሣድ በዝ መዋዕል ወዓዲ ትከውነኒ ስምዐ በደኀሪ መዋዕል ወትከውን ስምዐ ለኵሉ ፍጥረት እለ ፈጠርክዎሙ በእንተ ዘይከውን ለጻድቃን ወለኃጥኣን። መዝ ፻፭(፻፬)፡፲፫-፲፭። ሚል ፬፡፭።	33 እኳ ደኣ ኣብዚ ጊዜ እዚ ክሳዕ ኣብዚ ልቡ ዘትረረ ሕዝብ'ዚ እትምስክረለይ ክቐትሉኻ ኣይክኃድጎምን እየ። ከምኡ ውን በቲ ዳጎራይ ዘመን ክትምስክረለይ ኢኻ፡ ብዛዕባ እቲ ንጻድቃንን ኃጥኣንን ዝግበር ሥራሕ ንኵሎም ዝፈጠርክዎም ክትምስክረለይ ኢኻ። መዝ 105(104)፡ 13-15። ሚል 4፡5።
፴፬ እስመ ሀለወኒ እምጻእ ወእሠገው እምቅድስት ድንግል ወኣኀድር ምስለ እጓለ እመሕያው ዲበ ምድር ወእፈጽም ነገረ ዘተጽሕፈ በውስተ ሕግ በእንተ ሥርዓትየ ወአብጥል እዘዘ ሞት በሞትየ ዘእትዌከፎ ባሕቲትየ በፈቃድየ በእንተ ሕይወተ ትዝምደ እጓለ እመሕያው እለ ተቀንዩ ለዲያብሎስ ርጉም በምግባሮሙ እኩይ።	34 ምኽንያቱ ናብዚ ዓለም'ዚ መጺአ ካብ ቅድስት ድንግል ሥጋን ነፍስን ክዋሓድ ኣሎኒ፣ ምስ ሰብ ውን ኣብዚ ዓለም'ዚ ክነብር እየ፡ ኑቲ ኣብ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ሰብ ኮይነ ዝፍጽሞ ሥርዓት ክፍጽም እየ፡ ኑቶም በቲ ክፉእ ግብሮም ንዲያብሎስ ዝተገዝኡ ደቂ ሰባት ንምድኃን፡ በይነይ ብዝተቐበልኩዎ ሞተይ ንሥልጣን ሞት ከጥፍእ እየ።
፴፭ እሉ እለ ኮንዎ አግብርተ በፈቃዶሙ በባሕቲቶሙ እስመ ኢተወክፉ ትእዛዘ እግዚአብሔር እሉ እለ ይፈቅዱ መምህራነ ይኩኑ እምከመ ያእምሩ ትምህርተ እሉ እለ ይሔልዩ ቅድመ ጠቢባን እሙንቱ እንዘ ውእቶሙ አብዳን እሉ እለ ይፈቅዱ ይኩኑ ኖሎተ እምቅድመ ያእምሩ መርዔተ	35 እዚኣቶም ኸኣ እቶም በይናም ፈትዮም ባሮት ዝኾንዎ እዮም። ከመይ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣይተቐበሉን። ከይተማህሩ መምህራን ክኾኑ ዝፈተዉ እዚኣቶም እዮም። ዘይፈልጡ ከለዉ ፈላጣት ኢና ዝብሉ እዚኣቶም እዮም። መጓሰ ከይፈለጡ ጓሶት ክኾኑ ዝፈተዉ እዚኣቶም እዮም። ፍጻሜኦም ንጥፍኣት

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፪	ዘቴዎዶስዮስ ም. 82
እሉ እለ ደኅሪቶሙ ለሙስና ወስብሐቶሙ ለኃሣር በከመ ይቤ ጳውሎስ ብፁዕ እሉ እለ ይሔልዩ ዘበምድር ወአኮ ዘበሰማያት ዘውእቶሙ ዐላውያን ርጉማን። ፊልጵ ፫፥፲፱።	ክብሮም ንሓሳር ዝኾኑ እዚኣቶም እዮም። ብፁዕ ጳውሎስ ከምዝበሎ፡ ሰማያዊ ክብሪ ዘይኮነስ ምድራዊ ክብሪ ዝደልዩ እዚኣቶም እዮም። እዚኦም ዝተረግሙ መናፍቓን እዮም።ፊል 3፡19።
፴፮ ቦ እለ ይብሉ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ፍጡር ወቦ እለ ይብሉ ከመ መንፈስ ቅዱስ ፍጡር ወቦ እለ ይብሉ ከመ ለወልደ እግዚአብሔር ቦቱ ፪ቱ ባሕርያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ወይነብቡ ዘንተ ጽርፈተ ከመዝ በቃሎሙ።	36 ወልደ እግዚኣብሔር ፍጡር ከምዝኾነ ዝዛረቡ ኣለዉ። መንፈስ ቅዱስ ውን ፍጡር ከምዝኾነ ዝዛረቡ ኣለዉ። ድኅሪ ዘይምርመርን ዘይንገርን ተዋሕዶ ውን ንወልደ እግዚኣብሔር ክልተ ባህርያት ከምዘለዎ ዝዛረቡ ኣለዉ። ካብ ርእሶም ኣንቂያም ነዚ ክሕደት'ዚ ይዛረቡ።
፴፯ ንሕነሰ ርቱዐነ ሃይማኖት ደቂቀ ሐዋርያት ቅዱሳን ነአምን በኀዱ ህላዌ ወኀዱ አካል ዘእግዚአብሔር ቃል ወልደ እግዚአብሔር ዘኮነ ሥጋ አሐደ ገጸ ወአሐደ ግብረ ወብሂሎትነ አሐዱ ህላዌ አኮ ዘእንበለ ሥጋ አላ በሥጋ እስመ ቃል ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ በኀዱ አካል ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢንቤ ፪ቱ ህላዌያት አላ ንቤ ምስለ አበዊነ ንጹሓን ከመ ክርስቶስ መለኮት ወትሰብእት ኮነ አሐደ ዋሕደ በኀዱ አካል ።	37 ሃይማኖትና ዝቐንዐ ደቂ ቅዱሳን ሓዋርያት ዝኾንና ንሕና ግና፥ ሓደ ገጽ ሓደ ግብሪ ብምኻን ሥጋ ዝተዋሓደ ወልደ እግዚኣብሔር፡ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንኣምን። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ምባልና ምስ ሥጋ እምበር ካብ ሥጋ ተፈልዩ ኣይኮነን። ቃል ሓደ ኣካል ኮይኑ ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ስለዝኾነ፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ ኣይንብልን ኢና። ከምቶም ንጹሓን ኣቦታትና፥ 'ክርስቶስ (መለኮትን ትሰብእትን) ብሓደ ኣካል ካልኣይ ዘይብሉ ሓደ ከምዝኾነ' ደኣ ንዛረብ እምበር።
፴፰ ወበእንተዝ ንብል ምስለ ሐዋርያ ዓቢይ ጴጥሮስ እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲኣነ በሥጋ ወሞተ በሥጋ እንዘ ሕያው በመንፈስ ሐመ በሥጋ ዘቦቱ መለኮት ወኢንቤ ምንተኒ እምነ ሕማማት በጽሐ ኀበ መለኮት ግሙራ ወኢይከውን ዝንቱ ወዳእሙ ንቤ ከመ መለኮት ተወክፈ ሕማማተ በሥጋ ። ፩ጴጥ ፫፥፲፰።	38 በዚ ኽኣ ምስቲ ዓቢይ ሓዋርያ ጴጥሮስ ኴንና 'ክርስቶስ ብመለኮት ሕያው እንከሎ ምእንታና ብሥጋ ከምዝሓመመን ብሥጋ ከምዝሞተን' ንዛረብ። መለኮት ቡቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓመመ፡ ግና ዝኾነ ካብ ሕማማት ንመለኮት ከዶ ረኺብዎ እዩ ኣይንብልን። እዚ ፈጺሙ ኣይከውንን እዩ። እኳ ደኣ መለኮት ብሥጋ ሕማማት ከምዝተቐበለ ንዛረብ እምበር። 1ይ ጴጥ 3፡18።
፴፱ እመሰ ኢንቤ ከመ መለኮት ተወክፈ ሕማመ በሥጋ ወእመ አኮሰ ንትአመን ምትሐተ ከመ አውጣኪ ርኩስ ዘይቤ እስመ ክርስቶስ ከመ ኀዱ እምነቢያት እስመ ሶበ ኃደረ ላዕሌሁ መንፈስ	39 እንተኾነ ‹መለኮት ብሥጋ መከራ ተቐበለ› እንተ ዘይበልና ብዘይ እዚ ግና ከምቲ 'ክርስቶስ ከምቶም ነቢያት መንፈስ ቅዱስ ምስ ኃደሮ ተኣምራት ገበረ' ዝበለ ርኹስ ኣውጣኪ ‹ምትሓት› ኢልና ንኣምን ኣሎና ማለት እዩ።

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፪ ፥ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83 ፥ ም. 83
ገብረ መንክራተ ወንሕነሰ ንብል እስመ ክርስቶስ አምላከ ኵሉ ኢኮነ ከመዝ ግሙራ አላ ኃደረ ውስቴቱ ኵሉ መለኮቱ ፍጹም በሥጋ በከመ ይቤ ጳውሎስ ። ቆላ ፪፡፱።	ንሕና ግና እቲ ፈጣሪ ኵሉ ክርስቶስ ፈጺሙ ምትሓት ከምዘይኮነ ንዛረብ ኣሎና። ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ፥ ፍጹም መለኮት ብከዊን ሰብ ኮነ ንብል ደኣ እምበር። ቆላ 2፡9።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፹፫	**ምዕራፍ 83**
፩ ወእመቦ ዘይቤ እመሰ ህልው እምቅድም ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወለምንት መጽሐፍ ሰመዮ ፍጡረ ዘይቤ በገጸ መካን ሊተ ለጥበብ ፈጠረኒ እግዚአብሔር መቅድመ ተግባሩ ወውስተ ካልእ ገጽ ይቤ ነጽሩ ኀበ ዝንቱ ሐዋርያ ኢየሱስ ሊቀ ካህናት እምነትነ ምእመን ኀበ ዘገብሮ ወካዕበ ይቤ ኢየሱስ ክርስቶስ ብእሲ ወሀበ መድኃኒተ ለኵሉ ። ምሳ ፰፡፳፪። ዮሐ ፱፡፲፩። ዕብ ፫፡፪።	1 ቃል ምስ እብን ምስ መንፈስ ቅዱስን ብቅድምና ካብ ነበረ ስለምንታይ መጽሓፍ ፍጡር ይብሎ፧ ኣብ ዓንቀጸ መጽሓፍ 'ጥበብ ንኣይ ቅድሚ ኵሉ ፍጥረቱ ፈጠረኒ' ዝበለ፥ ኣብ ካልእ ዓንቀጽ ከኣ 'ናብቲ ሓዋርያ፡ ሰብ ዝገበሮ እሙን እንኣምኖ ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ኣቐልቡ' ዝበለ፥ ከምኡ ውን 'ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተባህለ ሰብ ንኵሉ ድኀነት ሃበ' ዝበለ፡ ስለምንታይ እዩ ዝብል ሰብ እንተሎ። ምሳ 8፡22። ዮሓ 9፡11። ዕብ 3፡2።
፪ ይምጻእኬ ማእከሌነ ነቢይ ዓቢይ ኤርምያስ ከመ ያጠይቀነ ወመኑ ውእቱ ዝንቱ ዘተሰምየ ፍጡረ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘአስተርአየ ዲበ ምድር ወተሳተፈ ነሶሳው ምስለ ሰብእ ይቤ ዝንቱ ውእቱ አምላክነ ወኢንኮልቍ ካልአ ምስሌሁ ወአርትዐ ኵሎ ፍኖተ ርትዕተ ወእምዝ አስተርአየ ዲበ ምድር ወተሳተፈ ነሶሳው ምስለ ሰብእ። ሰቆ ኤር ፲፭፡፶፫-፶፭።	2 እምበኣር እዚ ፍጡር ዝተባህለ መን ምኻኑ፡ እዚ ኣብዚ ዓለም'ዚ ዝተራእየን ምስ ሰብ ዝተመላለሰን መን ምኻኑ ንከረድኣና እቲ ዓቢይ ነቢይ ኤርምያስ ኣብ መንጎና ይምጻእ።! ‹እዚ ፈጣሪና እዩ፡ ካልእ ምስኡ ኣሎ ኣይንብልን። ሕጊ ኣሪት ሠርዐ፡ ብድኀር'ዚ ኣብዚ ዓለም ተገልጸ፡ ምስ ሰብ ውን ተመላለሰ› በለ። ሰቆ ኤር 11፡43-54።
፫ ወዘይቤ ወእምዝ አስተርአየ ዲበ ምድር ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ወልደ አብ ዘውእቱ ፩ዱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ እምቅድመ ኵሉ አዝማን ወእምድኅረ መጠወ ሕገ ወነቢያተ ርእየ ከመ አግብርት ኢክህሉ ከመ ያብጥሉ እዘዘ ሞት ወቀኖተ ኃጢአት ዘውእቱ ዲያብሎስ ወኢደለወ ይድኅን ትዝምደ እጓለ እመሕያው እንበለ ዳእሙ በአስተ ርእዮቱ ለእግዚአብሔር ዲበ ምድር ወበተሳትፎቱ ነሶሳው ምስለ ሰብእ	3 ‹ብድኀር'ዚ ኣብዚ ዓለም ተራእየ› ዝበሎ፥ ነቲ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ዝነበረ ምስ እብን መንፈስ ቅዱስን ብባህርይን ብህልውናን ሓደ ዝኾነ ንወልደ እብ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ድኅሪ ኦሪት ምሃቡን ነቢያት ምሻሙን፡ እቶም ነቢያት ንሥልጣነ ሞትን ነቲ ብምኽንያት ፍዳ ኃጢኣት ዝሠልጠነ ዲያብሎስን ኸጥፍኡ ከምዘይከኣሉ ምስ ረኣየ፥ በቲ እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለም'ዚ ብምግላጹን ምስ ሰብ ብምንባሩን እንተዘይኮይኑ ባህርየ ሰብ ክድኅን ስለዘይክእል፡ ካብቲ ሰማያዊ ዓለም ናብዚ ዓለም'ዚ መጺኡ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ወረደ እምሰማያት ወተሠገወ እማርያም እምቅድስት ድንግል ወኮነ ሰብአ ወተሳተፈ ነሶሳወ ምስለ ሰብእ። ኢሳ ፷፫፡፩-፱። ፷፬፡፩። ሮሜ ፰፡፫-፭። ዘፀአ ፫፡፭-፰። ግብ ሐዋ ፯፡፴፬።	ወሲዱ ሰብ ኮነ። ሥራሕ ሰብነት ውን ሠርሐ። ኢሳ 63፡1-9። 64፡6። ሮሜ 8፡3-5። ዘፀአ 3፡6-8። ግብ ሐዋ 7፡34።
፬ ወፈጠረ ሎቱ መቅደሰ እምነ ወላዲቱ ድንግል ማርያም ወኢተወለጠ እመለኮቱ ሶበ ተሠገወ ወኢወለጠ ለሥጋ ኀበ መለኮት አላ ነሥአ ፍጹመ ትስብእተ ወነበረ በዘዚአሁ መለኮት ወበእንተዝ ርእየ ጠቢብ መቅደሰ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘነሥአ እምቅድስት ድንግል ማርያም ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወሶበ ርእየ ከመ ወልድ ፭ዱ እምቅድመ ይሠጎ ወዓዲ እምድኅረ ተሠገወሂ ይከውን ፭ደ ባሕቲቱ ምስለ ሥጋ በአሐዱ አካል ወበእንተዝ ይቤ ከመ ዝኩ ሥጋ ቅዱስ ውእቱ ጸርሐ እንዘ ይብል ሊተ ለጥበብ ፈጠረኒ እግዚአብሔር መቅድመ ተግባሩ እስመ ዝኩ ሥጋ ቅዱስ ውእቱ ጥበብ ዘተነግረ በብዙኅ መክፈልት ። ምሳ ፰፡፳፪-፴። ሚራ ፳፬፡፩-፴። ማቴ ፲፭፡፲፱። መዝ ፪፡፯።	4 ካብታ ዝወለደቶ ድንግል ማርያም ንኪዋሓዶ ሥጋ ፈጠረ። ሰብ ምስ ኮነ ካብ ኣምላኽነቱ ኣይተለወጠን። ፍጹም ሰብ ከይኑ በቲ ናቱ ኣምላኽነት ጸኒዑ ነበረ እምበር እቲ ሥጋ ናብ መለኮት ኣይለወጠን። ስለዚ ድማ ጥበበኛ ሰሎሞን 'እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ርኣየ። ወልድ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ሓደ ከምዝኾነ፡ ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ብምኻን ንሱ ሓደ ከምዝኾነ ምስ ርኣየ፡ ምእንትዚ ሰሎሞን ነዚ ቅዱስ ሥጋ ከምዝተዛረበ ጌሩ 'እግዚኣብሔር ቅድሚ ኵሉ ፍጥረቱ ዝነበረ ወዱ ገበረኒ በለ' ክብል ተዛረበ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ብዙኅ ዓንቀጽ 'ጥበብ' ተባሂሉ ዘሎ፡ ኣካላዊ ቃል ዝተዋሓዶ እዚ ‹ቅዱስ ሥጋ› ስለዝኾነ እዩ። ምሳ 8፡22-30, ሚራ 24፡1-30, ማቴ 11፡19, መዝ 2፡7።
፭ ወውእቱ ርእሰ ሥጋሃ ለቤተ ክርስቲያን ወውእቱ ቀዳሚ በኵረ ምውታን ወበእንተዝ ተሰምየ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ ወበእንተዝ ተብህለ እስመ ሥጋ ቅዱስ ዘኮነ ፭ደ ምስለ እግዚአብሔር ቃል ውእቱ ኮነ መቅድመ ለተግባረ እግዚአብሔር ።	5 ንሱ ናይ ቤተ ክርስቲያን (ምእመን) ናይ ሓድነታ ፍጻሜ እዩ። ቀዳማይ ምውታን ውን ንሱ እዩ። በዚ ኸኣ ኣማኑኤል ተባህለ። ትርጕሙ ድማ እግዚኣብሔር ምስ ሥጋና ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ ማለት እዩ። ስለዚ ድማ እቲ ምስ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ዝኾነ ቅዱስ ሥጋ ንሱ፡ እግዚኣብሔር ዝፈጠሮ ኵሉ ፍጥረት ቀዳማዊ ኣምላኽ ከምዝኾነ ተነግረ።
፮ ወእምዝ አብጠለ እዘዘ ሞት ወሠዐረ ዲያብሎስሃወኃይሎ ወሰበረ መናሥግተ ዘሐሚን ወሜወወ ሲኦለ ወነሠተ አብያተ ጣያት ወአርኀወ አናቅጸ ምሕረት እንተ ይእቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወመጠነ ሥጋሁ ቅዱሰ ወደሞ ክቡረ መቅድመ ዓረቦነ ሕይወት ዘለዓለም ለኵሉ። ዮሐ ፮፡፶፫-፶፱። ኤፌ ፩፡፲፩።	6 ብድኅር'ዚ ሥልጣነ ሞት ኣጥፍኡ። ንዲያብሎስን ኃይሉን (ኃጢኣት) ሰዓረ። ናይ ሓፃውን ምዓጹ ሰበረ (ፍዳ መርገም ኣጥፍኡ)። ንሲኦል ዘመታ። ኣብያተ ጣኣታት ኣፍረሰ፡ ኣፍ ደገ ምሕረት ኣርሓወ፡ እዚኣ ኸኣ እታ ብደሙ ዝኸበረት ቤተ ክርስቲያን እያ። ነቲ ንኵሉ መርከቢ ዘለዓለም ሕይወት ዝኾነ ውልድነት ዝተረክበሉ ሥጋኡን ደሙን ሃበና። ዮሓ 6፡53-59, ኤፌ 1፡14።

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
፯ ነአምን በወልደ እግዚአብሔር ከመ ፩ዱ ውእቱ ወእንዘ አምላክ ኮነ ሰብአ ዘከመ ሥርዓት ወዓዲ ይሄሉ በዘዚአሁ መለኮት ዘእንበለ ውላጤ ወኢሚጠት ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ሰባኬ ጽድቅ ጳውሎስ ሐዋርያ ልሳነ ዕፍረት ማእምር ዘይነብብ ቦቱ ክርስቶስ ነጽሩ ዘንተ ሐዋርያ ኢየሱስ ሊቀ ካህናት እምነትነ ምእመን ኀበ ዘፈነዎ።	7 ወልደ እግዚአብሔር ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን። ኣምላኽ እንከሎ ብምሥጢረ ተዋሕዶ ሰብ ኮነ። ከይተለወጠን ባህሪኡ ከይኃደገን ብባህርየ ኣምላኽነቱ ጸኒዑ ይነብር። ስለዚ ኸኣ እቲ ሰባኺ ጽድቂ ፈላጥ ነገሩ ዝተፈትወን ክርስቶስ ኃዲሩ ዝተዛረበሉን ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል÷'ናብቲ ሓዋርያ፣ ቦቲ ዝለኣኾ ዝተኣመነ እንኣምኖ ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ርኣዩ።'
፰ ወካዕበ ንለቡ ዘንተ ነገረ ዘነበበ እምድኅረዝ እንዘ ይብል እስመ ኢየሱስ ክርስቶስ ብእሲ ወሀበ መድኃኒተ ለኵሉ እስመ ሐዋርያ ቅዱስ ዲበ መሠረተ ቤተ ክርስቲያን አየቀ ሥጋሁ ቅዱስ ለእግዚአብሔር ቃል ወሰምዮ ለኢየሱስ ክርስቶስ ሊቀ ካህናት እስመ ውእቱ ወጠነ ወአዕረገ ርእሶ ባሕቲቱ መሥዋዕተ በእንተ መድኃኒተ ትዝምደ እጓለ እመሕያው ወውእቱ ሐዋርያ ዘሰበከ ቀዳሚ መንግሥተ ሰማያት ወበእንተዝ ይቤ ይረክበክሙ ሕማም ውስተ ዓለም ወባሕቲቱ ጽንዑ እስመ አነ ሞዕክዎ ለዓለም ። ማቴ ፬፡፲፮። ዮሐ ፲፮፡፴፫።	8 ከምኡ ውን 'ሰብ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኵሉ ድኅነት ሃበ' ክብል ብድኅር'ዚ ንዝተዛረቦ፣ ነዚ ነገር'ዚ ነስተውዕል÷ ከመይ ቅዱስ ሓዋርያ ኣብ ልዕሊ መሠረት ቤተ ክርስቲያን፣ እግዚኣብሔር ቃል ንዝወሰዶ ቅዱስ ሥጋኡ ኣረድኣ። ግብረ ክህነት ስለዝጀመረን ንባህርየ ሰብ ከድኅን ንርእሱ ጥራይ መሥዋዕቲ ጌሩ ስለዘቐረበን ንኢየሱስ ክርስቶስ 'ሊቀ ካህናት' ክብል ሰመዮ። ብመጀመርታ ወንጌል መንግሥተ ሰማያት ዝሰበኸ ሓዋርያ ንሱ እዩ። ስለዚ ኸኣ 'ኣብዚ ዓለምዝ መከራ ክረክበኩም እዩ ግና ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ'ሞ ጽንዑ' በለ። ማቴ 4፡17። ዮሓ 16፡33።
፱ ምንት ውእቱ ሙዳት ዘሞዐ ቦቱ ዓለመ ቦኑ ኢኮነ መዋዒሁ ለዲያብሎስ አው ለእመ ፈቀደ ያማስና ለምድር መኑ እምክህለ ይክልአ አው ለእመ ፈቀደ ያጽንዓ መኑ እምክህለ ይትቃወሞ በከመ ይቤ ብፁዕ ኢዮብ ወኢይቤ ዘንተ ዘእንበለ ዳእሙ በእንተ ድካመ ሥጋ ቅዱስ ዘነሥአ በከመ ይቤ እስመ ሥጋ ይደክም ወባሕቲቱ አነ ጥቡዕ ለተወክፎ ሕማማት በእንተ መድኃኒትክሙ ከመ እሚጥክሙ እምቅኔሁ መሪር ለዲያብሎስ ወእባልሕክሙ እሙስናሁ ለገሃነም ። ኢዮ ፱፡፲-፲፪። ማቴ ፳፭፡፵፪።	9 ንዓለም ዝሰዓረሉ ምኽንያት እንታይ እዩ፡ ንዲያብሎስ ደኣ ካብ ቀደሙ ሰዓሪኡ ዶ ኣይኮነን፡ ንምድሪ ከጎልፋ እንተ ፈተወኸ መን ክኽልክሎ ምኽኣለ፡ ከድኅነና እንተ ፈተወኸ መን ክቃወሞ ምኽኣለ ነይሩ፡ ብፁዕ ኢዮብ ከምዝበሎ። ድኹም ሥጋ ብምውሓዱ እዩ እምበር ብዛዕባ ካልእ ኣይተዛረበን። ከመይ ሥጋ ድኹም እዩ እንተኾነ ግና ካብቲ ናይ ዲያብሎስ ጽኑዕ ባርነት ናዛ ንከውዕኣኩም፣ ካብ ናይ ገሃነም ፍጹም መቕጻዕቲ ውን ንከድኅነኩም ንኣኻትኩም ንምድኃን ኣነ መከራ ንክቐበል እፈቱ' ከም ዝበለ። ኢዮ 9፡10-12 ። ማቴ 26፡4-2።
፲ ወበእንተ ድካመ ሥጋ ወንዴቶ ህላዌነ አእመረ ለእመ ኢሞየ ለሞት ወለዲያብሎስ በድካመ ሥጋ ወእመ	10 ብሰንኪ ድኻም ሥጋን ንዴት ባህርናን ኑቲ ድኻም ሥጋ ገንዘቡ ጌሩ ንሞትን ዲያብሎስን እንተዘይስዒሩ÷ ንሰብ

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
አካሰ ኢይደሉ ያጽንዕ ሰብአ ምስሌሁ ወበእንተዝ ይቤ ይረክበክሙ ሕማም ውስተ ዓለም ወባሕቱ ጽንዑ እስመ አነ ሞዕክዎ ለዓለም እስመ ይትኴነን መልአኩ ለዝንቱ ዓለም።	ምስኡ ሓደ ጌሩ ከንብሮ ከምዘይክእል ገለጸ። ስለዚ ድማ 'ኣብ ዓለም መከራ ክረክበኩም እዩ ግና ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ እሞ ጽንዑ! ከመይ ገዛኢ ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ዲያብሎስ ክሰዓር እዩ' በለ።
፲፭ ይቤ ሀለወኒ አመ ተለዐልኩ ዲበ ዕፀ መስቀል እስሕብ ኵሎ ኀቤየ ያእምር ኵሎ ድካመ ሥጋ ወመዊዓኒ ዘሞዐ ቦቱ አኮ ዓቢይ ከመ ይማየ እግዚእ ለሰይጣን ለብሰ ሥጋ ድኩመ ወከመዝ ጸብኦ ለሰይጣን በሥጋኒ። ዮሐ ፲፪፡፴፪።	11 'ኣብ መስቀል ምስ ተሰቐልኩ ንኵሉ ብኽብሪ ናባይ ክቕርቦ እየ' በለ። ናይ ሥጋ ፍጹም ድኻምን ነቲ ብሥጋ ዝሰዓሮ ዓወትን ንከረድእ፥ ጐይታ ንሰይጣን እንተ ዝስዕሮ ዘደንቕ ኣይምኾነን። ግና ነቲ ድኹም ሥጋ ተዋሒዱ፣ ብኸምዚ ንሰይጣን ብሥጋና ሰዓሮ ደኣ። ዮሓ 12፡32።
፲፪ ወለእመሂ ኃጥኣን ንሕነ ውእቱሰ አልቦቱ ኃጢኣት ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ ወበእንተዝ ዝንቱ ተሰምየ ውስተ መጻሕፍት ወልደ እጓለ እመሕያው በእንተ ሥርዓተ ትስብእቱ ወዓዲ ተሰምየ እግዚአብሔር ወልደ እግዚአብሔር ወመልአከ ወመዝራዕተ ወነቢየ ብዙኃ ጊዜያተ የዐውቆ ከመ ውእቱ አምላክ ወዓዲ ብዙኃ ጊዜያተ የዐውቆ ከመ ውእቱ ሰብእ። ኢሳ ፶፫፡፩-፱። ዮሐ ፩፡፪። ፭፡፳፮። ሉቃ ፲፫፡፴፫። ግብ ሐዋ ፫፡፲፭።	12 ንሕና ኃጥኣን እኳ እንተኾንና፣ ንሱስ ኃጢኣት የብሉን፣ ኣብ ልሳኑ ሓሶት ኣብ ነገሩ ጕድለት ኣይተረኽበን። ምእንት'ዚ ድማ ኣብ መጻሕፍቲ ሰብ ስለዝኾነ ወዲ ሰብ ተባህለ። ከምኡ ውን እግዚኣብሔር፣ ወልደ እግዚኣብሔር መልኣኽ ቅልጽም ነቢይ ተባህለ። ኣምላኽ ከምዝኾነ ደጋጊሙ መጽሓፍ የረድእ፣ ሰብ ከምዝኾነ ውን ደጋጊሙ የረድእ እዩ። ኢሳ 53፡1-9። ዮሓ 1፡2 ። 5፡26። ሉቃ 13፡33። ግብ ሐዋ 3፡15።
፲፫ ወያእምረነ ዝንቱ ነገር ከመ ንስምየ ለነቢይ ዓቢይ ረአዬ ራእያት ወመንክራት ልዑለ ቃል ዓቢይ ኢሳይያስ ነቢይ ይቤ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘይወጽእ እምኤዶም ብእሲ መካሕ ዘባሶር ልብሱ ባሶር ይተርጐም በሥጋ እስመ ብሂለ ባሶር ሥጋውእቱ ወእምዝ ይቤ ይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ወሰብእ ብሂል እስመ ውእቱ እግዚአብሔር በመለኮት ወሰብእ በትሰብእቱ ዘነሥአ። ኢሳ ፷፫፡፲፬። ፷፫፡፩-፫።	13 እዚ ነገርዚ፥ነቲ በዓል ግሩም ምሥጢርን ረቂቅ ነገርን ዓቢይ ነቢይ ኢሳይያስ ዝበሎ ንክንሰምየ የተሓሳስበና፥ 'እዚ ካብ ኤዶም ቀይሕ ግምጃ (ባሶር ዝልብሱ) ለቢሱ ዝመጽእ ምኩሕ ሰብ'ዚ መን እዩ፡' በለ። ባሶር፥ ሥጋ ተባሂሉ ይትርጐም። ባሶር ማለት ሥጋ ብምኻኑ ብድኅር'ዚ ስሙ 'ኣማኑኤል' ይበሃል በለ። ትርጕሙ ድማ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ማለት እዩ። ንሱ ብመለኮት ኣምላኽ፣ ብዝወሰዶ ሥጋ ድማ ሰብ ስለዝኾነ እዩ። ኢሳ 7፡14። 63፡1-3።
፲፬ ወሶበ ትሰምዕ ከመ ውእቱ ፍጡር ኢተሐሊ ግሙራ ከመ ዝንቱ ይትበሀል በእንተ ቃል ከመ እግዚአብሔር ፈጠሮ በከመ ይቤ አርዮስ ርጉም አላ ይትበሀል በእንተ ሥጋ ከመ ውእቱ ፍጡር ወውእቱ ዘሐነፀ ሎቱ መቅደሰ እምድንግል ንጽሕት ማርያም ወናሁ ዝንቱ ነገር የአክል በእንተ ድካመ ልሳንነ	14 ንሱ ፍጡር ከምዝተባህለ እንተሰማዕካ፣ ከምቲ ርጉም ኣርዮስ 'ፍጡር እዩ' ዝበሎ እዚ ኣበሃህላ እግዚኣብሔር ንቃል ከም ዝፈጠሮ ጌርካ ኣይትሕሰብ። ሥጋ ስለ ዝተዋሓደ ደኣ ሰብ ኮነ ተባሂሉ ይንገር። ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ንክዋሓዶ ሥጋ ዝፈጠረ ንሱ እዩ። ንነገረ እግዚኣብሔርተጠንቂቕ ክዛረብ ስለዘይከኣለኒ

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ወሕፀተ አእምሮትነ እስመ ኢይደልወኒ ከመ እትናገር በእንተ እግዚአብሔር።	በቲ ጕድለት ኣእምሮናን ደኹም ልሳንናን እንሆ እዚ ነገር'ዚ የኣክል እዩ።
፲፭ ወካዕበ ያጌብረኒ ከመ እትናገር ቃለ ነቢይ ቅዱስ ዘይቤ ተሰአል ካህናተ ላእክ ምሥዋዕ በእንተ ሕግ ወእመ አኮሰ እምወደይኩ እዴየ በአፉየ ወእምአርመምኩ በከመ ይቤ ኢዮብ ብፁዕ ። ሐጌ ፪፡፲፪። ኢዮ ፴፡፩።	15 'ነዮም ኣገልገልቲ ምሥዋዕ(ታቦት) ካህናት ብዛዕባ ሕጊ ሕተት' ንዝብል ቃል ቅዱስ ነቢይ ንኽዛረብ ዳግማይ ግዲ ይኾነኒ። ብዘይእዚ ግና ከምቲ ብፁዕ ኢዮብ ዝበሎ÷ 'ኢደይ ኣብ ኣፈይ ገረ ስኾ ምበልኩ ነይረ'። ሐጌ 2፡12, ኢዮ 40፡4።
፲፮ ወባሕቱ እብል ምስለ ብፁዕ ጳውሎስ እመቦ ዘኢየአምር ውእቱሂ ዓዲ ኢያእመረ ወምንተ ንብል በእንተ እሉ ርጉማን ሰብእ እለ መጠው ርእሶሙ ለዲያብሎስ ለሕርትምናሆሙ ወአንበሩ ውስተ ሰማይ አፉሆሙ ወአንሶሰወ ውስተ ምድር ልሳኖሙ ወፀረፉ ርእሶሙ ወአኮ ላዕለ እግዚአብሔር። መዝ ፸፫(፸፪)፡፰-፲። ፩ቆሮ ፲፬፡፪።	16 'ግና ንእግዚኣብሔር ዘይፈልጥ ሰብ እንተሎ፡ ንሱ ነቲ ክፈልጦ ዝግብኦ ገና ኣይፈለጠን' ኢለ ምስ ብፁዕ ጳውሎስ እዛረብ ኣሎኹ። ብዛዕባ እቶም ጥፍኣት ንክመጸም ፈትዮም ርእሶም ንዲያብሎስ ዝሃቡን ብፍዳ ዝተታጎዙን ሰባት እንታይ ክንብል ኢና፤ ልሳኖም ኣብ ሰማይ ገበሩ፡ ከም ኣርዮስ ብባህሪኡ ፍጡር እዩ በሉ። ልሳኖም ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣመላለሱ፡ ከም ንስጥሮስ ጎድረት በሉ። ንእግዚኣብ ሔር ዘይኮነስ ንርእሶም ጐድኡ (ፀረፉ)። መዝ7(72)፡8-10, 1ይቆሮ 8፡2።
፲፯ ወባሕቱ ዘሞተሰ በሥጋ በእንቲአነ በጸጋ እግዚአብሔር ኢመዋቲ ውእቱ ወያሐዩ በመለኮቱ ወዳእሙ ሶበ ለብሰ ሥጋ ኮነ አሐደ ምስሌሁ በ፩ዱ አካል እንበለ ውላጤ ወኢፍልጠት ሞተ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ።	17 እንተኾነ ግና ናይ እግዚኣብሔር ውህብቶ ኮይኑ ምእንታና ብሥጋ ዝሞተስ እቲ ዘይመውት እዩ። ብኣምላኽነቱ ውን ሕይወት ዝህብ እዩ። ሥጋ ምስተዋሓደ ግና ብዘይምልዋጥን ብዘይምፍላይን ሓደ ኣካል ብምኻን ምስኡ ሓደ ኾነ። ብመለኮት ሕያው ክኸውን ከሎ ብሥጋ ሞተ።
፲፰ ወይእዜኒ ንኩን ድልዋነ ወንምትር ፅርፈተ ዐላውያን ወድፍረቶሙ ርኩስተ አመ ይሰምዩነ ታአስክንድሳውያን ዘውእቱ ቀታልያነ አምላክ ብሂል እመሰ ኢነአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ከንቱኬ ሃይማኖትነ ወዘሂ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ለእመ ኮነ ብእሴ ፅሩቀ ወአኮ እግዚአብሔር ያጌብረነ ከመ ንስምያ ለቅድስት ድንግል ወላዲተ ሰብእ ባሕቲቱ ወአሜሃ ይትፈጸም ላዕሌነ ነገረ ኤርምያስ ነቢይ ዘይቤ ርጉም ዘይከውን ተስፋሁ በሰብእ።ኤር ፲፯፡፭።	18 ሕጂ ድማ 'ታኦስድክንሳውያን' ማለት ‹ቀተልቲ ኣምላኽ› ኣብ ዝበሉና ጊዜ፡ ነቲ ክሕደት መናፍቓንን እተጸይፍ ድፍረቶምን ንምርሓቕ ዝተዳሎና ኾኑን። እግዚኣብሔር ቃል ምእንታና ብሥጋ ከምዝሓመመ እንተ ዘይኣመና ሃይማኖትና ከንቱ እዩ። እቲ ምእንታና ብሥጋ ዝሓመመ ‹እግዚኣብሔር› ዘይኮነስ ‹ፅሩቕ ብእሲ› እንተኾይኑ ንቅድስት ድንግል 'ወላዲት ፅሩቕ ብእሲ' ክንብላ ክንግደድ ኢና። ሽዑ 'እቲ ተስፋኡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝንብር ርጉም እዩ' ዝብል ቃል ነቢይ ኤርምያስ ኣብ ልዕሌና ይፍጸም። ኤር 17፡5።

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
፲፱ እመሰ ኮነ ብእሴ ባሕቲቱ ዘወሀበነ ሥልጣነ ከመ ንኪድ ከይሴ ወአቃርብተ ወዲበ ኵሉ ኃይለ ጸላኢ እንከሰ ሥልጣኑ ሥልጣነ እጓለ እመሕያው ወአኮ እግዚአብሔር ውእቱ ዘወሀበነ ዘንተ ሥልጣነ ዘከመ ሐልዮቶሙ። ማር ፲፮፥፲፯። ሉቃ ፲፥፲፱።	19 እቲ ንዲያብሎስን ተመንን ዕንቅርቢትን (ኣጋንንቲ)፡ (ፍትወታትን እኩያንን) ኮነ ንቑሉ ኃይሊ ጸላእን፥ ክንረግጽ ክንስዕር ሥልጣን ዝሃበና ዕሩቕ ብእሲ እንተ ኾይኑሲ፡ እምበኣር ከምቲ ኣበሃህላኣም እቲ ሥልጣኑ ናይ ሰብ ሥልጣን እዩ። ነዚ ሥልጣን'ዚ ዝሃበና ውን እግዚአብሔር ኣይኮነን ማለት እዩ። ማር 16፡17። ሉቃ 10፡19።
፳ ወእመ ኢኮኑ ዝንቱ ሥጋ ቅዱስ ወደም ክቡር እለ ንትሜጠዎሙ ዘእግዚአብሔር ቃል አላ እሙንቱ ሥጋ ወደም ዘእጓለ እመሕያው ባሕቲቱ ይበጽሕ ላዕሌነ ነገረ አይሁድ እሉ እለ ርእዩ ሕይወቶሙ ስቁለ ቅድመ አዕይንቲሆሙ ወኢአምኑ በሕይወቶሙ ወያስተጎፍሩነ እንዘ ይብሉ ለምንትኑ ተአብዱ ላዕሌነ ወትብሉ ከመ ዘሰቀልናሁ አምላክ ውእቱ ወካዕበ ይትቃጸቡነ አሕዛብ እንዘ ይብሉ ከመ ንሕነ ንትሜጠ እምሥጋ ሰብእ ወደሙ ወተስፋነ በሰብእ። ዘዳግ ፳፰፡፷፯።	20 እቶም እንቕበሎም ቅዱስ ሥጋን ክቡር ደምን ናይ ቃል እግዚአብሔር ሥጋን ደምን ዘይኮኑስ ናይ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋን ደምን እንተኾይኖም፥ ነገር ናይቶም ሕይወቶም ኣብ ቅድሚኣም ተሰቒሉ እናርኣዩ ብሕይወቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ኣባና ክፍጸም እዩ። 'እቲ ዝሰቐልናዮ ኣምላኽ እዩ' እናበልኩም ንምንታይ ትዘልፉና ኣሎኹም እናበሉ ኣይሁድ ከጎፍሩና እዮም። ከምኡ ውን እቶም ኣሕዛብ ንሕና ናይ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋን ደምን ከም እንቕበል፡ ተስፋና ውን ኣብ ሰብ ከምዝኾነ ጌሮም ክሣለቑልና እዮም። ዘዳግ 28፡67።
፳፩ ወለእመኒ ያነውሩነ እሉ ሰብእ አብዳን ወይብሉ ከመ ንሕነ ንቤ ከመ መለኮተ ቃል ሐመ ወሞተ እለሰ ይትአመኑ ዘንተ ይከውኑ ነኪራነ እምአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወንሕነሰ ነአምን ከመ መለኮቱ ለወልድ ቃል ኢተፈልጠ እምትስብእቱ በሕማማቲሁ አላ ሐመ በሥጋሁ በፈዱ አካል ወነአምን ከመ ውእቱ ተወገሠ ሕማማተ ወተወክፎሙ በሥጋሁ ቦኑ ገዚፍ ውእቱ እግዚእ ከመ ይሕምም ሐሰ አላ ዝንቱሰ ግብር ዘሥጋ ውእቱ።	21 እዞም ኣእምሮ ዘይብሎም ሰባት፥ ንሕና ኣምላኽ ብባህሪኡ ሓመመ ሞተ ከም እንብል ጌሮም እኳ እንተነቐፉና፡ በዚ ነገር'ዚ ዝኣምኑ ካብ እብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝተፈልዩ ይኾኑ። ንሕና ግና ኣብ ጊዜ ሕማሙ ኣካላዊ ቃል መለኮቱ ካብ ሥጋኡ ከምዘይተፈልየ ንኣምን። ሓደ ኣካል ብምኻን ደኣ ብሥጋኡ ሓመመ እምበር። ንሱ ሕማማት ከምዝተዓገሠን ብሥጋኡ ከምዝተቐበሎምን ንኣምን። ብሓቂ ውን እግዚአብሔር ክሓምም ግዙፍ ድዩ፡ ብፍጹም ኣይኮነን፡ እዝስ ናይ ሥጋ እዩ።
፳፪ በከመ ይቤሉ አበዊነ ቅዱሳን ዘከመ ሐፂን ሶበ ይትወደይ ውስተ እሳት እስመ ህላዌሁ ለእሳት ካልእ ውእቱ እምህላዌ ሐፂን ሶበ ይትዋሐድ ይከውን አሐደ ህላዌ ወሶበሂ ትዘብጦ	22 ከምቲ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝበልዎ፥ እቲ ሓፂን ኣብ ሓዊ ምስ ኣተወ ከምዝኾኖ እዩ። ባህርየ ሓዊ ካብ ባህርየ ሓፂን ፍሉይ እኳ እንተኾነ ምስ ተዋሓደ ግና ሓደ እዩ ዝኸውን። ነቲ ሓፂን ብመዶሻ ክትወቕየ ከለኻ እቲ ሓዊ ብመዶሻ ከምዘይውቕዕ፡

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ለሐዊን በሴፈልያ እስመ እሳት ኢየሐምም በዘቢጥ ከማሁ ዓዲ መለኮተ ቃል ተወክፈ ሕማማተ በሥጋ ወለሊሁሰ ኢሐመ።	ከምኡ ኸኣ እቲ ባህርየ ቃል ብሥጋ ሕማም ተቐበለ፣ ንሱ ግና ሕማም የብሉን።
፷፫ ቦኑ መለኮት የሐምም በህላዌሁ ሐሰ ሎቱ ለእግዚአብሔር እምዝንቱ ንሕነሰ ናወግዝ ዘይፈልጥ መለኮተ እምትስ ብእት ወካዕበ ናወግዝ ዘይፈሲ መለኮተ ቃል ፍጡረ ወናወግዝ ኮሎ ዐላውያነ እለ ይትቃወሙ በክሕደቶሙ ቤተ ክርስቲያን ርቱዕነ ሃይማኖት።	23 ብሓቂ መለኮት ብባህሪኡ ይሓምም ድዩ፡ ፍጹም እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ሕማም ሞት ኣለዎ ኣይበሃልን። ንሕና ግና ነቲ ንመለኮት ካብ ሥጋ ዝፈልዮ ነውግዙ ኢና። ከምኡ ውን ንባህርየ ቃል ፍጡር እዩ ዝብል ነውግዙ ኢና። ኸኾሎም እቶም በቲ ክሕደቶም ነቶም ‘ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ’ ኢሎም ዝኣምኑ ምእመናን፡ ዝቃወሙ መናፍቓን ውን ነውግዙም ኢና።
፷፬ ወበረከቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ላዕሌነ ወላዕለ ኮሉ ዘየአምን ከመዝ ለዓለመ ዓለም አሜን።	24 በረኸቱ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣባናን፡ ኣብቲ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኢሉ ዝኣምን ኮሉ ሰብን ንዘለዓለም ይጎደር፡ ኣሜን።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፷፭ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ በመልእክቱ እንተ ጸሐፉ እንዘ ሀሎ በስደቱ ኀበ ሕዝብ መፍቀርያነ ክርስቶስ እለ የኀድሩ በእስክንድርያ አነ አአምር አኀውየ ከመ ክርስቶሳውያን አንትሙ ወትሴአሉኒ ከመ እስብክ በሕገ ሃይማኖት ርትዕት።	25 እዚ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ኣብ ስደት ከሎ፡ ናብቶም ኣብ እስክንድርያ ዝነብሩ ፈተውቲ ክርስቶስ ምእመናን ኣብ ዝጸሓፉ መጽሓፍ ደጊሙ ከምዚ በለ፥ ኣኀዋተየ ንሸኻትኩም ወገናት ክርስቶስ ከምዝኾን ኩምን ናይዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ሥርዓት ንክምህር ከም እትሓቱንን ኣነ እፈልጥ እየ።
፷፮ ወአነ አአምር ርቱዐ ከመ ኢይደሉ ሕዝባዊ ይምህር መምህራነ ወእመ አኮሰ ይመስል ከመ ነዳይ ዘይጼውዕ ባዕለ ከመ ይብላዕ ኀቤሁ ከማሁ ሕጹፀ አእምሮ አነ በከመ ይቤ ሙሴ ነቢይ አንሰ ኢይረክብ ገጸ ለነገር እስመ ላዕላዐ ልሳን አነ ወቃልየኒ ጸያፍ ወኮነኔየቲሁ ለእግዚአብሔር ዕሙቅ ውእቱ ወኢይትረከብ። ዘፀአ ፬፡፲-፲፮።	26 ሕዝባዊ ንመምህራን ክምህር ከምዘይግባእ ኣነ ብሓቂ እፈልጥ እየ። ክምህር እየ እንተበለ ግና ኑቲ ድኻ ብልዓለይ ስተየለይ ኢሉ ሃብታም ዝጽውዕ ይመስል። ከምኡ ውን ኣነ በዓል ንኡስ ኣእምሮ እየ። ነቢይ ሙሴ ሚላ ዘረባ ኣይፈልጥን እየ፡ ኣፈይ ወታእ ልሳነይ ውን ኮርታዕ እዩ፡ ፍርዲ እግዚኣብሔር ግና ረቂቕ እዩ ኣይምርመርን ውን እዩ ከምዝበለ። ዘፀአ 4፡10-17።
፷፯ ወባሕቱ አነ አሠምረክሙ ይእዜ አ መፍቀርያነ እግዚአብሔር ወእዜንወ ክሙ እፎ አነ በሃይማኖትየ ርትዕት እንተ ኢኮነት ጽንንተ አአምን	27 ኦ ፈተውቲ እግዚኣብሔር! ኣነ ግና ከሐጕሰኩም እየ። በዛ ጥርጥር ዘይብላ ቅንዕቲ ሃይማኖተይ ውን ከመይ ኢለ ጸኒዐ ከምዘሎኹ ክነግረኩም እየ። በቲ ፈጣሪ

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
በአምላከ አበውየ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ወወልዱ ፍቁር እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ።	ኣቦታተይ ንኵሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር **ኣብ**፡ ቡቲ ፍቱው ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ቡቲ ማሕየዊ መንፈስ ቅዱስን ይኣምን እየ።
፳፰ ዘከመ አዘዙ ፫፻፲፰ ኤጲስ ቆጶሳት እለ ተጋብኡ በኒቅያ ወ፪ወ፯ እለ ተጋብኡ በሀገረ ንጉሥ ወካልአንሂ እለ ተጋብኡ በኤፌሶን ወመተሩ ንስጥሮስሃ ዐላዌ ወእለ መተርዎ ለዩልያኖስ ወመሀሩነ ከመ ንእመን በ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ።	28 ከምቲ እቶም ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ 318 ኤጲስቆጶሳት፡ ኣብ ከተማ ንጉሥ (ቀኵስጥንጥንያ) ዝተጋብኡ 150፡ ኣብ ኤፌሶን ተጋቢኦም ንክሕደት ንስጥሮስ ዘውገዙ፡ ከምኡ ውን ንዩልያኖስ ዘውገዙ ካልኦት ኣቦታት ዝኣዘዝዎን፥ ከምቲ ‘ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ’ ንክንኣምን ዝመሃሩናን እዩ።
፳፱፱ ወዓዲ አአምን ከመ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወእሰግድ ሎቱ እንዘ አምላክ ወሰብእ ኅቡረ ወአአምን ከመ እግዝእትነ ማርያም ድንግል ቅድስት ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል ዘውእቱ እምአብ ወወለደቶ በሥጋ ወአአምን ሕማማቲሁ ማሕየዊ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወክፎ በእንተ መድኃኒትነ ሐመ ወሞተ በሥጋ በእንቲአነ ወኮነ በዕረ እሙታን እስመ ሕይወት ወሀቤ ሕይወት ውእቱ በመለኮቱ።	29 ከምኡ ድማ ንሱ ወልድ ሓደ ከምዝኾነ ይኣምን። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ብምኻኑ እሰግደሉ። እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ኣደ እቲ ካብ **ኣብ** ዝተወልደ እግዚኣብሔር ቃል ከምዝኾነትን ብሥጋ ከምዝወለደቶን ይኣምን። ቡቲ ንኣና ንምድኃን ዝተቐበሎ ናይ ጐይታና ዘድጎን ሕማሙ ይኣምን። ምእንታና ውን ሓመመ ሞተ፡ ካብ ምዉታን ናይ ምትንሣእ ውን ቀዳሪ ኾነ፡ ከመይ ብመለኮቱ ሕይወት ዝህብ ሕይወት ስለዝኾነ።
፴ አነ አወግዝ ኵሎ ዐላውያነ አርዮስሃ ወሰባልዮስሃ ወመቅዶንዮስሃ ወፈድፋዱ ደሰ እለ ሐደሱ እከየ ዘውእቶሙ ንስጥሮስ ወታኦድሮስ ወታኦድሪጦስ ወጳውሎስ ሳምሳጢ ወእንድራኦስ ጽሉእ ወማኅበረ ኬልቄዶን ወጠማረ ልዮን ዕልው እለ ይብሉ ፪ቱ ህላዌያት ዘአማኑኤል እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር።	30 ኣነ ንኵሎም መናፍቓን፥ ንሰባልዮስ፡ ኣርዮስ፡ መቅዶንዮስ ኣወግዞም። ዝያዳ ድማ ነቶም ክሕደት ዘጽንዑ ኣወግዞም። እዚኣቶም ከኣ ንስጥሮስ፡ ታኦድሮስ፡ ታኦድሪጦስ፡ ሳማሳጢ ጳውሎስ፡ ጽሉእ እንድራኦስ፡ ከምኡ ውን ብደብዳቤ ልዮን ድኅሪ’ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ናይ ኣማኑኤል ኣካል ባህርይ ክልተ እዩ ዝብሉን ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ ማኅበርን እዮም።
፴፩ ወካዕበ አወግዞ ለአውጣኪ ወለእለ ይብሉ በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አኮ ውእቱ ዕሩይ ምስሌነ በሥጋ ወዳእሙ ይትዔረዮ ሥጋ ለአብ በመለኮት እምቅድም ወካዕበ አወግዝ እለ ይትቃረኑ ፲ተወ፪ተ ክፍለ ዘአቡነ ቅዱስ ቄርሎስ አው ምንትኒ እመጸ ሕፍቲሁ ወዘንተ ንቤ ለፍቅርክሙ በአሕጽሮ።	31 ከምኡ ድማ ንኣውጣኪ ኣውግዞ። ነቶም ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ‘ንሱ ንኣና ኣይመስልን እዩ፡ እኳ ደኣ ሥጋ ብጐይትነት ብቕድምና ንኣብ ይመስሎ እዩ ይተኻኸሎ እዩ’ ንዝብሉ ኣውግዞም እየ። ከምኡ ውን ነቶም ኣቦና ቅዱስ ቄርሎስ ዝጸሓፎም 12 ዓናቅጽ ኩኑ ገለ ነገር ካብ መጻሕፍቱ ንዝነቕፉ ኣውግዞም። ነቲ ፍትው ሰብነትኩም ብሓጢኡ ነዚ ተዛረብና።

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ፀ፪ ንነጽር እንከ ነገረ ሙሴ ሊቀ ነቢያት ዝንቱ ዘአዘዘ ይትገበር ፪ቱ አቅርንት ዘብሩር ጽሩይ ከመ ይንፋሕ ቦሙ ካህን ለሕዝብ አመ ይጼውዕ መፍቅድ ዘእግዚአብሔር ይትጋብኡ ደቂቀ እስራኤል ኀበ ደብተራ ስምዕ እሉ እለ ተርጕሞሙ መፈክር ጠቢብ ቅዱስ ቄርሎስ እንዘ ይብል ይደሉ ለካህናተ ቤተ ክርስቲያን ይትጋብኡ አኮ አሐደ ጊዜ አላ ፪ተ ጊዜያተ በከመ አዘዙ ሐዋርያት። ዘኍል ፲፡፪።	32 ከምዚ ካብ ኮነ ናይ ሊቀ ነቢያት ሙሴ ነገር ነስተውዕል! እስራኤል ኣብታ ኣምልኾ ዝፍጸመላ ድንኳን ንክእከቡ ፍቓድ እግዚኣብሔር ምስ ጸውዐ፥ ካህን ንሕዝቢ ኣዋጅ ኽነግር ክልተ መለኸት ብጽሩይ ብሩር ኽሰገብር ዝኣዘዘ እዚ እዩ። 'ኣብ ልዕሊ ምእመናን ዝተሾሙ ካህናት ከምቲ ሓዋርያት ዝኣዘዝዎ ሓንሳእ ዘይኮነስ ክልተ ጊዜ ክእከቡ ይግባእ' ብምባል እቲ መስተውዓሊ ምሥጢር ዘረድእ ቅዱስ ቄርሎስ ዝተርጐሞም እዚኣቶም እዮም። ዘኍ 10፡2።
ፀ፫ ወበዝንቱ ይትጋባእ እስራኤል ዘበአማን ዘውእቱ ልቡና ዘይራእዮ ለእግዚአብሔር ወይምህሩ ነገረ ሃይማኖት ዘመለኮት ወሥርዓቶ ዘገብረ በሥጋ በእንቲአነ ከመ ይኩን ብእሲ ዘውስጥ ምእመነ ወሐዲሰ ዘከመ አምላለ ፈጣሪሁ ወንሕነሂ ዓዲ ተወከፍነ ትምህርታቲሁ ቅድስተ ዘዝኩ ቀርን መንፈሳዊ ቅዱስ ቄርሎስ።	33 በዚ እስራኤል ዘነፍስ ይተኣከብ። እዚ ድማ ንእግዚኣብሔር ዝርእዮ ልቡና እዩ። ነቲ ሓድነትን ሥለስትነትን ምእማንን፡ ነፍሲ ንፈጣሪኡ መሲሉ እሙንን ጽኑዕን ኮይኑ ኽነብር ምእንታና ብሥጋ ዝገበሮ ናይ ተዋሕዶ ምሥጢርን ይምህሩ። ንሕና ውን ናይ'ዚ መንፈሳዊ መምህር ቅዱስ ቄርሎስ ነታ ቅድስቲ ትምህርቱ ተቐቢልና ኣሎና።
ፀ፬ ወንዜንወክሙ ለክሙ ኦ ምእመናን እስራኤላውያን ዘበአማን ናፍጥን እንከሰ ኀበ ደብተራ ስምዕ ዘበአማን እንተ አጥረያ ሎቱ በደመ ባሕቲቱ ክርስቶስ አምላክነ ጻድቅ ። ግብ ሐዋ ፳፡፳፰።	34 ብሓቂ ዝተኣመንኩም እስራኤላውያን! ንኣኻትኩም ንምህረኩም ኣሎና። እምበኣር ናብታ ፈጣሪና ክርስቶስ ብናይ በይኑ ደም ዘጥረያ እትእመን ቤተ ክርስቲያን ሓቢርና ቀልጢፍና ኽኺድ። ግብ ሐዋ 20፡28።
ፀ፭ ወካዕበ አነ አአምን በ፩ዱ አምላክ አብ አኃዜ ኵሉ ወበ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ብርሃን ዘእምብርሃን አምላከ ጽድቅ ዘእም አምላከ ጽድቅ ዝንቱ በእንተ መድኃኒትነ ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ወኮነ ሰብአ ከማነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ እስመ ኢአበሰ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ።	35 ከምኡ ውን ኣነ በቲ ንኵሉ ዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ብኣብ እኣምን እየ። ቅድሚ ኵሉ ዘመን ካብ አብ ብዝተወልደ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ብሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እኣምን እየ፡ንሱ ንኣና ንምድኃን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብዘይካ ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሕ ከማና ሰብ ኮነ። ከመይ ኣይበደለን፡ ኣብ ልሳኑ ውን ሓሶት ኣይተረኽበን።
ፀ፮ ወዝውእቱ ዘይደሉ ከመ ህላዌሁ ለአዳም ዘተመውዐ ይትቀፀል ጌራ መዊዕ በሞተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወሶበ ኀብረ ምስለ ሕይወት	36 እዚ ዝግባእ እዩ። ተሳዒሩ ዝነበረ ባህርየ ኣዳም ብሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣኽሊል ዓወት ምእንቲ ክደፍእ፥ ምስ ሕይወት(ቃል) ምስ ተዋሓደ ሕይወት ኮነ፡

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ኮነ ሕይወተ ወአብጠለ ሞተ ወዘንተ ምክንያተ ዘዝንቱ ጎብረት መንክር ኣያቀ ጳውሎስ ሐዋርያ እንዘ ይብል እስመ ደቂቅ ተሳተፍዎ በሥጋ ወደም ወውእቱኒ ዓዲ ኮነ ከማሆሙ ከመዝ ከመ በሞቱ ያብጥሎ ለዘቦቱ ሥልጣነ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ወያድኅን እሎንተ እለ እሙንቱ ታሕተ ፍርሃተ ሞት በኵሉ መዋዕለ ሕይወቶሙ እለ ድልዋነ ለግብርናት ወኢነሥአ ዘነሥአ እመላእክት አላ እምዘርአ አብርሃም ነሥአ ዘነሥአ። ዕብ ፪፡፲፬-፲፮።	ንሞት ውን ኣጥፍአ። ናይ'ዚ ግሩም ተዋሕዶ ምኽንያት ሓዋርያ ጳውሎስ ከረድእ ከሎ ከምዚ በለ÷ ሰባት ነፍስን ሥጋን ብምውሓድ መሰልዎ፥ ንሱ ውን ከምኡ ከምኡም ኮነ። ብሞቱ ነቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኽጥፍእ፥ ነቶም ምሉእ ዘመኖም ንዲያብሎስ ባራዩ ንምኽን ዝተዳለዉን ኣብ ፍርሃት ሞት ዝነበሩን ምእንቲ ከድኅኖም፡እቲ ዝወሰዶ ባህርይ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ወሰዶ እምበር ካብ መላእኽቲ ኣይወሰዶን። ዕብ 2፡14-17።
፴፯ ወአኮ ዝንቱ ግብር ዓቢይ ኀበ እግዚአብሔር ከመ ያብጥሎ ለዘቦቱ ሥልጣነ ሞት አላ ፈቀደ ከመ ይሰብሖ ለዝንቱ ዘሞየ ዝክቱ ወነሥአ እምኔሁ ዘነሥአ ወተዐገሠ ሕማማተ ዘይደልዎ ዘአልቦቱ ኃጢአት እስከ አግዐዞ።	37 እግዚኣብሔር ነቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ ዲያብሎስ እንተ ሰዓሮ ዘደንቕ ሥራሕ ኣይኮነን። ነቲ ዲያብሎስ ስዒርዎ ዝነበረን ሎሚ ግና ተወሲድዎ ዝነበረ ዝመለሰሉ ነዚ ሥጋ እዚ ብኽብሪ ክገልጾ ፈተወ ደኣ እምበር። ክሳዕ ዘድኅኖ ንሱ ኃጢኣት ዘይብሉ ንሥጋ ዝግባእ መከራ ብፍቕዱ ተቐበለ።
፴፰ ሶበሰ ቃል አምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ አው ነሥአ ሥጋ ዘኢይትዌከፍ ሕማማተ ዘአልቦቱ ኃጢአት በከመ ይቤሉ ገኑናዊቢሳውያን እለ ይብሉ ጽላሎት ወምትሐት እምኢኮነት ትምክሕተ እመሰ ነሥአ እምዘርአ አብርሃም ወተመሰለ አኃዊሁ በኵሉ እንበለ ኃጢአት በከመ ሰማዕነ ይእዜ ወተወክፈ ሕማማተ ወሞተ በእንቲአነ በሥጋ ወውእቱ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮቱ ለነሰ ጽድቅ ውእቱ ትምህርትነ ወግዕዛንነ እምቅንየተ ሞት መሪር።	38 ቃል ካብ ሰማይ ሥጋ ጎዩ መጺኡ እንተዝኸውን ወይ ከምቲ ገኑናዊቢሳውያን ምትሓት ጽላሎት እዩ ዝብልዎ ዕዳ በደል ዘይብሉ ኮነ ሕማም ዘይሰማምየ ሥጋ ተዋሒዱ እንተዝነብር ኣይመመክሐን ነይሩ። እቲ ዝወሰዶ ባህርይ ግና ካብ ባህርይ ኣብርሃም ካብ ወሰደ፥ ሎሚ ከምዝሰማዕናዮ ውን ብዘይካ ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሑ ንምእመናን ካብ መሰሎም፥ ከምኡ ድማ ምእንታና ብሥጋ ሕማምን ሞትን ካብ ተቐበለ፥ ብመለኮቱ ዘይሓምምን ዘይመውትን ካብ ኮነ፥ ንኣና ውን ክብርናን ሓጐስናን ጽኑዕ ካብ ኮነ÷ ካብ መግዛእቲ ሞት ናጻ ምውጻእና ሓቂ እዩ።
፴፱ ተአመኑ ዘንተ ኦ አኃውየ እለ አፍቀረክሙ ወለእለ ያነውሩ ምሥጢረ ዓቢየ ዘለጊሩት በተሀብሎ ንሕነ ናወግዞሙ እመቦ ዘይቤ በእንተ ቃለ እግዚአብሔር ዘኮነ ሥጋ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወኢየአምን ከመ ፩ዱ ህላዌ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ	39 ዝፈተወኩምን ዝሞተልኩምን ኣኀዋተየ! ነዚ እመኑ። ነቲ ለውሃቱ ንክገልጽን ጸጋ ንክህብን ዝገበሮ ተዋሕዶ ደፊሮም ዝነኞፉ ንሕና ነውግዞም ኢና። ብዛዕባ ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ድኅሪ'ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ ዝብልን፥ ነባቢ ነፍሲ ዘለዎ ናትና ሥጋ ብዘይ ምትሕውዋስ

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫	ዘቴዎዶስዮስ ም. 83
ዘእንበለ ውላጤ ወኢፍልጠት ረስዮ ሥጋነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ኀቡረ ምስሌሁ ዘእንበለ ቱስሕት ውጉዘ ለይኩን ።	ምስኡ ሓደ ጌሩ ከይተለወጠ ከይተፈልየ ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ዘይኣምንን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፵ ኢትፈልስ ነፍስ ለከዊነ ሥጋ እምህላዌሃ ወኢትትፈለጥ ነፍስ እምሥጋ እትተ ዘከመ ካልእ አካል ወኢንብል በእንተ ሰብእ ዘውእቱ እምእሉ ፪ቱ ህላዌያት ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶቶሙ አላ ፩ዱ ብእሲ ወ፩ዱ ህላዌ ውእቱ።	40 ነፍሲ ካብቲ ባህሪኣ ናብ ሥጋ ምኻን ኣይትልወጥን እያ። ነፍሲ ከም ካልእ ኣካል ሓደ ወገን ኮይና ካብ ሥጋ ኣይትፍለን እያ። ሰብ ካብዞም ክልተ ባህርያት (ነፍስን ሥጋን) ስለዝተረኽበ፡ ድኅሪ ምውሕሓዱ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እምበር ክልተ ባህርይ ከምዝኾነ ኣይንዛረብን ኢና።
፵፩ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ ቃል ከመ ውእቱ ረስዮ እምቅድመ ትንሣኤ ኢሐማሚ በሕማም ዘአልባቲ ኃጢአት ከመ በዝንቱ ያስተማስሎ ምትሐተ ወጽላሎተ ውጉዘ ለይኩን እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋ እግዚእነ ሥጋ ሙሱን ዘውእቱ ተወካፌ ኃጢአት ውጉዘ ለይኩን እመቦ በእንተ ሥጋ እግዚእነ ማሕየዊ ከመ ውእቱ ማሰነ ውስተ መቃብር ውጉዘ ለይኩን እስመ ጽሑፍ ከመ ነፍሱ ኢትትኃደግ ውስተ ሲኦል ወሥጋሁኒ ኢርእየ ሙስና። መዝ ፲፮(፲፭)፡፲። ግብ ሐዋ ፪፡፳፯-፳፰።	41 ብዛዕባቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝወሰዶ ሥጋ፡ ቅድሚ ትንሣኤ ዕዳ በደል ዘይብሉ ሕማም ዘይሓምም ከምዝገበሮ ዝዛረብን በዚ ኽኣ ብሓሶት ብምትሓት ዝምስሎን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ኃጢኣት ዘለዎ በደለኛ ከምዝኾነ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ብዛዕባቲ ጐይታና ዝተዋሓዶ መድኃኒ ሥጋ ኣብ መቓብር ፈሪሱ በስቢሱ ከምዝተርፍ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ከመይሲ ነፍሱ ኣብ ሲኦል ብባርነት ከምዘይትተኃዝ፡ ሥጋኡ ውን ከምዘይፈረሰን ከምዘይበስበሰን ተጻሒፉ ኣሎ። መዝ 16(15)፡8። ግብ ሓዋ 2፡24-28።
፵፪ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ቅዱስ ወደም ክቡር ዘእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እለ ናዓርጎሙ ዲበ ምሥዋዕ ቅዱስ ወንፈጽም መልእክቶ ወቅዳሴሁ ላዕሌሆሙ በሞቱ ወበትንሣኤሁ ከመ ቦሙ ሕማም ወሙስና እምድኅረ ትንሣኤሁ ውጉዝ ለይኩን ዘንተ ዕቀቡ አ አኃውየ ዘልፈ በርቱዕ።	42 ነቶም ኣብ ቅዱስ መሠውዒ (ታቦት) እነዕርጎም፡ ቅዱስ መሥዋዕትነቱ እንፍጽሞ ምን ሞቱን ትንሣኤኡን እንዛረበሉምን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን፡ ድኅሪ ትንሣኤ ሕማም ኮነ ምልዋጥ ከምዘለዎም ዝዛረብ ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ኣጎዋተየ ነዚ ብቅኑዕ ልቡና ኮሉ ሳዕ ኣጽኒዕኩም ኃዙ።
፵፫ ወካዕበ አጤይቅ ካልአ አካለ ዘውእቱ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘውእቱ መንፈስ ቅዱስ እግዚእ ማሕየዊ ዘወጽአ እምአብ ዘይሴባሕ ዘልፈ በ፩ዱ ዕሪና ምስለ አብ ወወልድ ወድኅነት በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ።	43 ከምኡ ውን ካልእ ኣካል ኣረዳእኩ። ንሱ ድማ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል፡ ካብ **አብ** ዝሠረፀ (ዝተረኽበ) ምስ **አብን** ወልድን ኮሉ ጊዜ ብሓደ ክብሪ ዝምስገን፡ ዘድኅን ናይ ባህርይ ጐይታ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድኅነት ይኹነልኩም።

ዘቴዎዶስዮስ ም. ፹፫ ፥ ዘሳዊሮስ ም. ፹፬

፹፬ ኦ አኃውየ እለ አፈቅረክሙ ጸልዩ ዲበ ድካምነ ከመ ይዕቀበነ እግዚእ በዓቢይ ሣህሉ በሃይማኖት ርትዕት እስከ ፍጻሜ ደኃሪት እስትንፋስ ወዝንቱ ውእቱ ባሕቲቱ ተስፋነ ወስብሐት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፹፬ ክፍል ፩

፩ ሃይማኖት ቅድስት ዘጸሐፈ ቅዱስ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገረ እግዚአብሔር ዓባይ አንጾኪያ ጎበ ንጉሥ መፍቀሬ እግዚአብሔር አንስጣስዮስ ዘምስለ ኵሉ ሕዝብ ሶበ ሰደዶ ለመቅዶንዮስ ረሲዕ ወነሥኣ ንጉሥ ወተወክፉ ወረሰያ ውስተ መዛግብተ መንግሥት ሕገ ለቤተ ክርስቲያን ወባቲ አእተተ እምነ ኵሉ ነገረ ዐላውያን ።

፪ ነአምን ወንትአመን ዘከመ ሥርዓተ አበዊነ ቅዱሳን ፫፻፲፰ ኤጲስ ቆጶሳት እለ ተጋብኡ በኒቅያ ወመንፈስ ቅዱስ ምስሌሆሙ ወማእከሌሆሙ ገሃደ ወዘንተ ዓዲ ተወክፉ አበዊነ ቅዱሳን እለ እምቅድሜነ ዘከመ ርስት ቅዱስ ወካዕበ ዘሠርዑ አበው ፻ወ፶ እለ ተጋብኡ እምቅድሜነ በሀገረ ቍስጥንጥንያ ወእለ ተጋብኡ በኤፌሶን።

፫ ነአምን ከመ ፩ዱ ውእቱ እግዚአብሔር አብ ወካዕበ ንአምን ከመ ፩ዱ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘተሠገወ በእንቲአነ ወአኮ ክፉል ወኢፍሉጥ ውእቱ ክመ እምቅድመ ይሠጎ ወውእቱ ክመ እምድኅረ ተሠገወ ወውእቱ ክመ ዝንቱ አሐዱ ወነአምን ከመ መንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ሥሉስ ዕሩይ። ፩ቆሮ ፲፪፥፮። ፪ቆሮ ፬፥፲፪። ኤፌ ፬፥፭።

ዘቴዎዶስዮስ ም. 83 ፥ ዘሳዊሮስም. 84

44 ኦ ዝፈትወኩም ኣኀዋተየ! ስለ ጕድለት ኣእምሮና ጸልዩልና። ጐይታ ብፍጹም ጐይትነቱ ክሳዕ መወዳእታ ፍጻሜ እስትንፋስ በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ኀሸጽ ንዓና፣ ተስፋና እዚ ጥራይ እዩ። ንኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓቂ ክብርን ምስጋናን ንዘለዓለም ይግብኦም፣ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 84 ክፍሊ 1

1 ናይታ እግዚኣብሔር ዝምለኽላ ዓባይ ሃገር ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ፥ ንመናፍቕ መቅዶንዮስ ኣውጊዙ ድኅሪ ምፍላዩ፣ምስ ኵሉ ሕዝቢ ምእንቲ ከንብባ ናብቲ ፈታዊ እግዚኣብሔር ንጉሥ ኣንስጣስዮስ ጽሒፉ ዝሰደዳ ቅድስት ሃይማኖት እዚኣ እያ። እቲ ንጉሥ ውን ተቐቢሉ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ገሩ ኣብ ቤተ መዛግብቲ ኣቐመጣ። ብእኣ ውን ንክሕደት መናፍቓን ካብ ኵሉ ኣርኃቐ።

2 ከምቶም ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ መንፈስ ቅዱስ ዝኃደሮምን ጉባኤኦም ዘቃንዓሎምን 318 ቅዱሳን ኣቦታትና ኤጲስቆጶሳት ዝኣመኑ ንኣምን ኢና። ከምኡ ውን እቶም ቅድሜና ዝነበሩ ኣቦታትና ነዚ ከም ቅዱስ ርስቲ ገሮም ተቐበሉ። ከምኡ ድማ እቶም ቅድሜና ኣብ ቍስጥንጥንያ ዝተጋብኡ 150 ከምኡ ውን ኣብ ኤፌሶን ዝተጋብኡ ኣቦታት ዝወሰንዎ እዩ።

3 እግዚኣብሔር አብ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን። ከምኡ ውን ምእንታና ሰብ ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ፣ ብኣካል ብባህርይ ዝተኸፍለ ዝተፈላለየ ከምዘይኮነ ንኣምን። ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ንሱ እዩ፣ ሰብ ድኅሪ ምኻኑ ውን ንሱ እዩ። እዚ ሓደ ንሱ እዩ። ዘድኅን መንፈስ ቅዱስ ውን ብዝተፈልየ ኣካሉ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን ኢና። ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ እዮም። 1ይ ቆሮ 8፥6። 2ይ ቆሮ 4፥12። ኤፌ 4፥5።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
፬ ሠለስቱ፡ አካላት ፍጹማነ መልክዕ ወሠለስቱ፡ ገጻት ኅቡራት በስብሐት ወበብርሃን አሐዱ ህላዌ አሐዱ ሥልጣን ፩ዱ ምልክና ወ፩ዱ መለኮት አሐቲ ስግደት ወአሐቲ ስብሐት በከመ የአምኑ ምእመናን ሰብእ።	4 ሠለስተ አካላት ብመልክዕ ፍጹማን እዮም፡ ሠለስተ ገጻት ብኽብሪ ብብርሃን ሓደ እዮም። ብባህርይ ሓደ እዮም፡ ብሥልጣን ሓደ እዮም፡ ብጕይትነት ሓደ እዮም፡ ብመለኮት ሓደ እዮም፡ ብስግደት ሓደ እዮም፡ ብምስጋና ሓደ እዮም። ከምቲ እቶም ምእመናን ሰባት ዝኣመንዎ።
፭ ወነአምን በአብ በሥርዓተ አብና ወአኮ ከመ ውእቱ፡ ወልድ ወለወልድኒ በሥርዓተ ወልድና ወአኮ ውእቱ፡ አብ ወለመንፈስ ቅዱስኒ በሥርዓተ ፀአት ወአኮ ውእቱ፡ አብ ወኢወልድ እሉ እሙንቱ፡ ፫ቱ፡ አካላት ዘልፈ እንዘ ይትዋሐዱ በ፩ዱ መለኮት ወህላዌ ወኃይል ወሥምረት ወስብሐት ወመን ግሥት ወለኮሉ አካል ፍጹም በገጹ።	5 ወልድ ኢልና ዘይኮነስ ብሥርዓት አቦነት አቦ እዩ ኢልና ንአብ ንአምን። ንወልድ ውን አቦ ኢልና ዘይኮነስ ብሥርዓት ወልድነት ወልድ ኢልና ንአምን። ንመንፈስ ቅዱስ ድማ አብ እዩ ወልድ እዩ ኢልና ዘይኮነስ ብሥርዓት ሠራፅነት ሠረፀ ኢልና ንአምን። እዞም ሠለስተ አካላት ብሓደ መለኮት ብሓደ ባህርይ ብሓደ ኃይሊ ብሓደ ፍቓድ ብሓደ ኽብሪ ብሓደ መንግሥቲ ሓደ ኮይኖም ንዘለዓለም ይነብሩ። ነፍስ ወከፍ አካል ብገጽ ፍጹም እዩ።
፮ ወአልቦ በውስተ ቅድስት ሥላሴ ግብርናት ወኢተጋንዮ ወኢይትሌዐል ፩ዱ እምካልኡ በመዓርገ መለኮት ወኢይኤዝዞ ፩ዱ ለካልኡ ዘከመ ተለአኪ በሥልጣኑ አላ እሙንቱ፡ ዕሩ ያን በ፩ዱ ክብር ዘመለኮት ወምልክና ወሉዐሌ ብርሃን ዘአኃዜ ኮሉ።	6 አብ ሠለስተ አካላት ምግዝዛእ ኮነ ምዕጣቐ ምፍታሕ የልቦን። ብመዓርገ መለኮት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ አይበልጽን እዩ። ብሓደ ክብረ መለኮት ብኣገዛዝኣ ናይ ኵሉ ፈጣሪ ብምኻን ብባህርይ ፍልጠት ሓደ እዮም እምበር እቲ ሓደ ብሥልጣኑ ነቲ ካልእ ከም ተለኣኺ ገሩ አይእዝዝን እዩ።
፯ ኢሀሎ አብ ግሙራ ወኢከመ ቅጽበተ ዓይን እንበለ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢሀሎ ወልድ ግሙራ ወኢከመ ቅጽበተ ዓይን እንበለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢሀሎ መንፈስ ቅዱስ ግሙራ ወኢከመ ቅጽበተ ዐይን ዘእንበለ አብ ወወልድ አላ ሥሉስ ቅዱስ ዕሩያን ህልዋን ወትረ ዘእንበለ ጥንት ወኢተፍጻሜት።	7 አብ ካብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተፈልዩ ክንዲ ናይ ዓይኒ ቕሕ ሰም ጊዜ ትኣክል እኳ አይነበረን። ወልድ ውን ካብ አብን መንፈስ ቅዱስን ተፈልዩ ክንዲ ናይ ዓይኒ ቕሕ ሰም ጊዜ ትኣክል እኳ አይነበረን። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ አብን ወልድን ተፈልዩ ክንዲ ናይ ዓይኒ ቕሕ ሰም ጊዜ ትኣክል እኳ አይነበረን። ሥሉስ ቅዱስ ጥንትን ፍጻሜን ከይሃለዎም ዘለዓለም ብሓድነት ጸኒያም ይነብሩ እምበር።
፰ ወይደልወነ ንእመን ከመዝ በእግዚአብሔር ቃል ከመ ቦቱ፡ ፪ቱ፡ ልደት ፩ዱ እምአብ እምቀዲሙ እንበለ ሱታፌ ምስካበ አንስት ልደት ዘኢይትረከብ ወካልእ በደኃሪ መዋዕል እምቅድስት ድንግል ማርያም እንበለ	8 ክልተ ልደት ከምዘለዎ ብእግዚአብሔር ቃል ከምዚ ኢልና ክንኣምን ውን ይግባእ። እቲ ሓደ ቅድመ ዓለም ካብ አብ ብዘይ ኣደ ዝተወልዶ ዘይምርመር ልደት እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ብዳጎረዋይ ዘመን ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ብዘይ አቦ ዝተወልዶ

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
ሩካቤ ተባዕት ልደት ዘኢይትነገር ወኢይትረከብ ወዘንተ ባሕቲቱ ነአምር ከመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኃደረ ላዕሌነ ወርኢናሁ በአዕይንቲነ ወገሠሥናሁ በእደዊነ። መዝ ፻፲(፻፱)፡፫። ዮሐ ፩፡፲፬። ገላ ፬፡፬። ፩ ዮሐ ፩፡፩-፫።	ዘይምርመርን ዘይንገርን ልደት እዩ። እንተኾነ ግና ሥጋ ከምዝኾነ ንባህርይና ውን ባህርይ ከምዝገበረ፡ ብዓይንና ከምዝረአናዮ ብኣእዳውና ውን ከም ዝዳህሠሥናዮ ነዚ ጥራይ ንፈልጥ። መዝ 110(109)፡3, ዮሓ 1፡14, ገላ 4፡4, 1ይ ዮሓ 1፡1-5።
፱ ወኢፈጠሮ አብ ከመ ፩ዱ እመላእክት ወኢከመ ፩ዱ እምሱራፌል ወኪሩቤል አላ ውእቱ ተወልደ እምህላዌሁ ለአብ ወውእቱ ይትሌዐል እምኵሉ ሥልጣናት ወኢጋዕዝት ወኵሉ ስም ዘይሰመይ በዝዓለም ወበዘይመጽእ ወዕ ሩይ ውእቱ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ወውእቱ ህልው ለዓለም በመለኮቱ ባሕቲቱ ።	9 አብ ከም ሓደ ካብ መላእኽቲ፡ ከም ሓደ ካብ ኪሩቤልን ሱራፌል ኣይፈጠሮን። ንሱ ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህር ይ ደኣ ካብ አብ ተወልደ እምበር። ካብ ኵሎም ሥልጣናት፡ ካብ ኵሎም ጐይቶት፡ በዚ ዓለም'ዚን ብዝመጽእ ዓለም ውን ካብ ዝጽዋዕ ስም ኵሉ ንሱ ይበልጽ። ምስ ባህርይ ኣቦኡ አብን ምስ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስን ሓደ እዩ። ብመለኮቱ ውን ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር።
፲ ወበእንተዝ ይቤ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ይነሥእ እምዚአየ ወይሁበክሙ ዝንቱ ዘተርእየ በዮርዳኖስ በአምሳለ ርግብ ወወረደ ዲበ ወልድ ወሶበ ርእየ ቃል ከመ ኃጢአት በዝኀ ወረደ እምሰማይ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም ቅድስት ወሐነፀ ሎቱ እምኔሃ ሥጋ በምሥጢር ዘኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ወነበረ ውስተ ከርሣ ፱ አዋርኃ ወውእቱ ዘፈጠረ ሎቱ ሥጋ እምኔሃ።	10 ስለዚ ከኣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ክምህር ከለሙ፥ 'ቃልነት ካባይ ገንዘብ ገሩ ክምህረኩም እዩ' በለ። ኣብ ዮርዳኖስ ብኣምሳል ርግቢ ዝተራእየን ኣብ ልዕሊ ወልድ ዝተቐመጠን እዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ኃጢኣት ከምዝበዝኄ ምስ ረኣየ ቃል ካብ ሰማይ ወሪዱ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ኃደረ፡ ብዘይምርመርን ብዘይንገርን ምሥጢር ድማ ሥጋ ካብኣ ፈጢሩ ተዋሓደ። ትሸዓተ ወርኅን ሓሙሽተ መዓልትን ኣብ ማኅፀና ነበረ። እቲ ንክዋሓድ ካብኣ ሥጋ ዝፈጠረ ንሱ እዩ።
፲፩ ወአኮ አብ ዘኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ለተሰብአ ከመ ኢይበል መኑሂ ይትፋለስ አብ ለከዊነ ወልድ አላ ውእቱ ወልድ ዘኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል በፈቃደ አቡሁ ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ እስመ አሐቲ ይእቲ ሥምረት ዘሥሉስ ቅዱስ ኢይትበሀል እስመ ካልኡ ፈጠሮ ሎቱ ከመ ይረስዮ ነኪረ እመለኮት አላ ውእቱ ባሕቲቱ ተሠገወ ወተዐገሠ ሕማማተ ሥጋ እንተ አልባቲ ኃጢአት ።	11 አብ፡ ሰብ ንምኻን ኣብ ማኅፀን ድንግል ዝኃደረ ኣይኮነን። ሓደ እኳ አብ ናብ ወልድ ምኻን ይልወጥ እዩ ኣይበል። ፍቓድ ሥላሴ ሓንቲ ብምኻና፥ ብፍቓድ ኣቦኡን ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስን ኣብ ማኅፀን ድንግል ዝኃደረ ወልድ እዩ እምበር። ካብ ፈጣሪነት ንኽፈልዮ አብ ንእኡ ፈጠሮ ኣይበሃልን እዩ። ንሱ ባዕሉ ወልድ ሰብ ኮነ፡ ምክንያት ኃጢኣት ዘይተረኸቦ መከራ ሥጋ ውን ተቐበለ ደኣ እምበር።

ዘሳዊሮስ ም. ፹ዕ	ዘሳዊሮስ ም. 84
፲፪ ወኢያውረደ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ አላ ለሊሁ ነሥአ ሥጋ እማርያም ድንግል ወላዲተ አምላክ እንበለ ሩካቤ ብእሲ ወባሕቱ ኀበረ ቦቱ ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ በተዋሕዶ ዘኢይማስን ወዘኢይትፈለጥ ወዘኢይቶሳሕ።	12 ንሱ ብዘይ ዘርአ ብእሲ ካብ ወላዲተ አምላክ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሰደ እምበር፣ ሥጋ ካብ ሰማይ ጎዙ አይመጽእን። እኳ ደኣ ንእኡ ተዋሓሓዶ፣ ምፍላይ ምልዋጥ ምትሕውዋስ ብዘይብሉ ተዋሕዶ ውን ምስኡ ሓደ ገበሮ።
፲፫ ዛቲ ሃይማኖት እንተ ነአምን ባቲ ኢተወልደ በአምሳል ወኢበምትሐት አላ ዘበጽድቀ ህላዌ ወውእቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ኀቡረ እስመ ውእቱ አማኑኤል በልዐ ወሰትየ ዘአቅረቡ ሎቱ።	13 እንኣምና ሃይማኖትሲ እዚኣ እያ። በቲ ንባህርይ ሓቂ ዝገብር ከዊን ደኣ እዩ እምበር መሲሉ ብምርኣይ ኮነ ብሓሶት ኣይተወልደን፣ እዚ ድማ ብተዋሕዶ እግዚአብሔር ሰብ ምኻን እዩ። ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ስለዝኾነ ዝቐረቡሉ በልዐን ሰተየን።
፲፬ ወእምዝ ዐርገ ዲበ ዕፀ መስቀል በፈቃዱ ይኩን መሥዋዕተ ውኩፈ ለእግዚአብሔር አቡሁ በእንቲኣነ ተቀነወ ዲበ ዕፀ መስቀል ወተረግዘ ገቦሁ በሎናት እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ወሰብእ ኀቡረ እንዘ ፩ዱ ወአኮ ፪ቱ ውእቱ ኢመዋቲ በመለኮት ወውእቱ መዋቲ በሥጋ ኢመዋቲ ወዘይመውት ነብሩ በከዊነ ፩ዱ አካል ኀቡረ።	14 ብድኀር'ዚ ንኣቦኡ እግዚአብሔር **አብ** ምእንታና ዝተፈትወ መሥዋዕቲ ምእንቲ ክሸውን ብፍቓዱ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞተ።ኣብ መስቀል ተሸንከረ። ብተዋሕዶ እግዚአብሔር ሰብ እኳ እንተኾነ ክልተ ኮይኑ ዘይኮነስ ሓደ ኮይኑ ብሎናት ጐድኑ ተወግኣ። ብመለኮት ዘይመውት እዩ። ብሥጋ ግና ሞት ዝተቐበለ እዩ። ዘይመውትን ዝመውትን ብተዋሕዶ (ብከዊን) ሓደ ኣካል ብምኻን ሓደ ኮኑ።
፲፭ ነቅዐ እምገቦሁ ደም ወማይ ዘከመ ሥርዐተ ምሥጢር ወአኮ በትስብእት ባሕቲቱ ዘተገብረ ቦቱ ዝንቱ ዘከመ ውእቱ ፍሉጥ እመለኮት ሐሰ አላ መለኮት ተወክፈ ሕማማተ ሥጋ በፈቃዱ እስመ ይትዋሓዱ በተዋሕዶ በሎሉ ግብር ወኢተፈልጡ ፪ቱ ህላዌያት እለ ሱቱፋን በተዋሕዶ በበይናቲሆሙ በምንትኒ እምሥርዓት ዘእግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ እስመ ኢፍሉጣን እሙንቱ ኢበኃይላት ዘይደሉ ለመለኮት ወኢበሕማማት ዘይደሉ ለትስብእት ወነበረ ለዓለም በተዋሕዶ።	15 ከም ሥርዓተ ተዋሕዶ ካብ ጐድኑ ደምን ማይን ተረኽበ። እዚ ዝተገብረ ካብ መለኮት ከም ዝተፈልየ ኮይኑ ብሥጋ ጥራይ ኣይኮነን። መለኮት ብፍቓዱ መከራ ሥጋ ተቐበለ እምበር ብሥጋ ጥራይ ኣይተገብረን። ብሎሉ ሥራሕ ብተዋሕዶ ሓደ ኮይኖም ስለዝነበሩ፣ እቶም ብተዋሕዶ ነፍስ ወከፎም ሓደ ዝኾኑ ክልተ ባህርያት ካብቲ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ዝሠርሖ ሥራሕ ብገለ ነገር እኳ ኣይተፈላለዩን። ገንዘብ መለኮት ካብ ዝኾነ ተኣምራት ምግባር ኮነ ገንዘብ ሥጋ ካብ ዝኾነ መከራ ምቕባል ዘይፈላለዩ እዮም። ንዘለዓለም ደኣ ብተዋሕዶ ጸኒዑ ይነብር እምበር።
፲፮ ወኢንስሓት ከመ ፎጢኖስ ወሰባልዮስ እለ ይብሉ እስመ መለኮት ርጎቀ ወሰቀሉ ትስብእተ ባሕቲቶ ዘንተ ይቤሉ እንዘ ይሬስይዎ ከመ መለኮት	16 'መለኮት ተፈልይዎ፣ ኣይሁድ ንሥጋ ጥራይ ሰቐሉ' ከምዝብሉ ከም ፎጢኖስን ሰባልዮስን ኣይንጋገ።መለኮት ከምዝፈርሐን ከምዝሰንበደን ጌሮም ነዚ ተዛረቡ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
ፈርሀ ወደንገፀ ወይትኤየርዎ ለእግዚአብሔር በንባቦሙ ሕሰው ዘምሉእ ጽርፈተ ንሕነሰ ኢንነብብ ዘከመዝ ጽርፈተ አላ ነአምን እስመ ዘአልቦቱ ደም ተሳተፈ ደማ ለድንግል ዘእንበለ ርስሐት ዘከመ ኵሉ ሕፃናት እለ ተወልዱ በሥጋዊ።	ድፍረት ብዝመልኦ ሓሶት ዘረባኦም ንእግዚአብሔር ይጸርፍዎ። ንሕና ግና ከምዚ ዝበለ ናይ ድፍረት ቃል ኣይንዛረብን። እኳ ደኣ እቲ ሥጋ ዘይነበሮ ሥጋ ከምዝወሰደ፣ እቲ ዘይሓምም ከም ዝሓመመ፣ ደም ዘይነበሮ ነቲ ምልዋጥ ዘይብሉ ደም ድንግል ናቱ ከምዝገበረ ንኣምን። ከምቶም ሥጋዊ ልደት ዝተወልዱ ሕፃናት እዩ።
፲፯ በከመ ይቤ ጠቢብ ጳውሎስ ሐዋርያ ወበእንተዝ ደለዎ ይትመሰሎሙ ለአኃዊሁ በኵሉ ግብር ከመ ያድኅን እለ እሙንቱ መትሕተ ሥልጣነ ሞት ዘንተ ብዙኅ መዋዕለ በሞቱ መድኃኒትነ ዘከመ ሥርዓት።	17 እቲ ፈላጥ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝበሎ፥ 'ስለዚ ውን ብኵሉ ሥራሕ ነቶም ኣኀዋቱ ክመስሎም ተገብኦ።' ከም ምሥጢረ ተዋሕዶ፡- ብመድኃኒና ዝኾነ ሞቱ ነቶም ንብዙኅ ዘመን ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሞት ዝነበሩ ንከድኅኖም እዩ።
፲፰ ኢትፍራህ አ ንጉሥ ሶበ ትሰምዕ ከመ እግዚአብሔር ሐመ ወሞተ በእንቲኣነ ወኢትኅድግ ዐላውያነ ያስሕቱከ በሕሊናሆሙ ወበልሳኖሙ ዘድልው ለተመትሮ ለነሰ ሐሰ ለነ ንበል ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ ወሞተ ወተቀብረ በመለኮቱ ንሕነሰ ነአምን ከመ ውእቱ ኢመዋቲ ሶበ ተንሥአ እምውታን ወወህበነ ለነ ትንሣኤ በሞቱ መድኃኒትነ ወበትን ሣኤሁ አመ ሣልስት ዕለት እስመ ዘሞተ ውእቱ ተንሥአ እሙታን።	18 አ ንጉሥ! ምእንታና እግዚኣብሔር ከምዝሓመመን ከምዝሞተን እንተሰማዕካ ኣይትጠራጠር። ቦቲ ውግዘትካ ዝግብኦ ልሳኖም ብክሕደቶም ከስሕቹካ ንመናፍቓን ሸለል ኣይትበል። ንኣናስ እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ መለኮቱ ከምዝሓመመን ከምዝሞተን ከምዝተቐብረን ክንዛረብ ኣይግብኣናን እዩ።ንሕናስ፥ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ብምትንሣኡ ዘይመውት ከምዝኾነ፣ ቦቲ መድኃኒና ዝኾነ ሞቱ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ብምትንሣኡ ትንሣኤ ከምዝሃበና ንኣምን ኢና። ከመይ እቲ ዝሞተ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንሢኡ እዩ።
፲፱ እመሰ ከሀሊ ኢተንሥአ ኢኮነኬ ህልወ እንዘ ውእቱ እግዚአ ኃይላት ወሐሰት ውእቱ እንከሰ ትንሣኤ ወለእመኒ ሐሰት ውእቱ ትንሣኤ ከንቱ ውእቱ ሃይማኖትነ ወንትሜሰሎሙ እንከ ለአይሁድ ሶበሰ ኢሞተ በሥጋ ከመ ሰብእ እምኢያብጠለ ሞተ ከመ አምላክ ዘቦቱ ሥልጣነ ሞት ወእምኢተደምሰሰ እምነ ማዕከል መጽሐፈ ዕዳሁ ለአዳም። ቈላ ፪፡፲፬።	19 እቲ ኵሉ ዝኽእል ንሱ እንተ ዘይትንሥእ፥ ናይ ኵሉ ክእለት በዓል ቤት እንከሎ ዘየሎ ምኾነ፣ በዚ ኸኣ ትንሣኤኡ ሓሶት ምኾነ። ትንሣኤ ሓሶት ካብ ኾነ ድማ ሃይማኖትና ከንቱ እዩ። በዚ ኸኣ ንኣይሁድ ንመስሎም ኣሎና ማለት እዩ። ሰብ እንከሎ ብሥጋ እንተ ዘይመውትሲ፣ ኣብ ልዕሊ ሞት ሥልጣን ዘለዎ ኣምላኽ እንከሎን ሞተ ኣይመጥፍኣን ነይሩ፣ እቲ ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ሰብን ዝነበረ ናይ ኣዳም ዕዳ ደብዳቤ ውን ኣይምተደምሰሰን ነይሩ። ቈላ 2፣14።
፳ ወዓዲ ነአምን አ ንጉሥ በሥሉስ ቅዱስ እስመ ዐላውያን ይብሉ በዑረተ አልባቢሆሙ እስመ ድንግል ማርያም ቅድስት ሶበ ወለደቶ ለእግዚአብሔር	20 አ ንጉሥ! ከምኡ ውን ብሥሉስ ቅዱስ ንኣምን ኢና። መናፍቓን ብዑረት ልቦም ፡ንጽሕት ድንግል ማርያም ንእግዚኣብሔር

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
ቃል በሥጋ ኮነ ሥላሴ ርቡዐ ወንሕነሰ ሐሰ ለነ ከመ ንበል ዘንተ አላ ሥላሴኒ ሥሉስ ወ፩ዱኒ ፩ዱ ዘውእቱ ብርሃነ መለኮት ዓቢይ ዘኢይትፈለጥ።	ምስ ወለደት ሥላሴ ኣርባዕተ ኮነ' ይብሉ። ንሕና ግና ነዚ ክንብል ኣይግባእን እዩ። ሥላሴ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ እዮም እምበር። እዚ ድማ ዘይፍለ ናይ መለኮት ፍጹም ብርሃን እዩ።
፹፩ ወዘሰ ይዜከር ርባዔ ያጌብሮ ይወስክ ተውሳከ በመለኮት ወይብሎ ለ፩ዱ ዘኢይትፈለጥ ወይሬስዮ ፪ተ እስመ መለኮት ተዋሐደ በሥጋ ወኮነ ሰብአ እምከርሠ ድንግል ማርያም ቅድስት ወላዲተ አምላክ ወዐርገ ውስተ ሰማይ በተዋሕዶ ዘኢይትፈለጥ ወነበረ በየማነ አቡሁ ወካዕበ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ።	21 እቲ 'ኣርባዕተ ኣካል ኣሎ' ዝብል፡ ካልኣይ ባህርይ ኣሎ ክብል ይግደድ። 'እቲ ሓደ መለኮት ዘይክፈል ዘይፍለ እዩ' ይብል እሞ ከም ብሓድሽ ድማ ክልተ ይገብሮ። መለኮት ሥጋ ተዋሓደ፡ ኣምላኽ ኣብ ማኅፀን ወላዲተ ኣምላኽ ንጽሕት ድንግል ማርያም ሰብ ኮይኑ እዩሞ ብዘይፍለ ተዋሕዶ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ማዕረ ኣቦኡ ውን ተቐመጠ። ዳግማይ ድማ ኣብ ልዕሊ ጻድቃንን ኃጥኣንን ኪፈርድ ክመጽእ እዩ።
፹፪ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ሐዋርያዊት አሐቲ ሃይማኖት ጽንዕት ወርትዕት ወርሕቅት እምጽርፈተ ዐላውያን ወአሐቲ ጥምቀት እንበለ ርስሐት ከመዝ እስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ መለኮት እንበለ ፍልጠት።	22 ካብ ሓዋርያት ተተሓሒዛ ዝመጸት ሃይማኖት እዚኣ እያ። እታ ቅንዕትን ጽንዕትን ካብ ክህደት መናፍቓን ዝተፈልየትን ሃይማኖት ሓንቲ እያ። እታ ኃጢኣት ተስተሠሪ ጥምቀት ከምኡ ውን ሓንቲ እያ። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ብዘይምፍልላይ ብመለኮት ሓደ እዮም።
፹፫ ወዘእንበሌሆሙ ኢኮነ ወኢምንትኒ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት ወ፫ቱ አካላት ለዓለም ኢድሙራን ወኢቱስሓን ወኢ፩ዱ ጎቡዕ በካልኡ አላ ፫ቱ አካላት ለዓለም በዘዘዚአሆሙ ወለለ፩ዱ አካል በህላዌሁ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ወመልእክተ ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ ዘከመ ቀኖና ዘሠርዑ ለነ አበዊነ ሐዋርያት።	23 ብዘይ ብእኦም ዝተፈጥረ ሓደ እኳ የልቦን። ባህርይ ሓደ እዩ፡ መለኮት ሓደ እዩ፡ ሠለስተ ኣካላት ንዘለዓለም ምጥቕላልን ምትሕውዋስን የብሎምን። እዞም ሠለስተ ኣካላት ንዘለዓለም በብርእሶም ጸኒያም ይነብሩ እምበር እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኣይኃድርን እዩ። ነፍስ ወከፍ ኣካል ብባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር። ከምቲ ኣቦታትና ሓዋርያት ዝወሰኑልና ሥርዓት፡ እታ ሓንቲ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን እትምህራ ሃይማኖት እዚኣ እያ።
፹፬ ከመዝ ነአምን ወከመዝ ንሜህር ወኢንሳተፍ ሃይማኖተ ዐላውያን ነኪረ ወርኩሰ አእመርነ ከመ ንትአመን በቃል ዘኮነ ሥጋ ከመ ውእቱ ተወልደ እምአብ ወኮነ አሐደ ምስለ ሥጋሁ ዘነሥአ ሎቱ እማርያም ድንግል ወቦቱ ነፍስ ወልቡና ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወአኮ ሥጋ ዘነሥአ እምድንግል ዘቦ ጊዜ ዘየኀድር ቦቱ	24 ከምዚ ኢልና ንኣምን፡ ከምዚ ኢልና ውን ንምህር። ልብ ወለድ ዝኾነ ርኹስ ትምህርቲ መናፍቓን ኣይንቐበልን ኢና። እቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ንሱ ካብ **አብ** ከም ዝተወልደ፡ ንክዋሓዶ ምስ ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ፡ ነፍሲ እትፈልጥን እትዛረብን ናይ ነፍሲ ፍልጠትን ከምዘለዎ ከምእንኣምን ፈሊጥና ኣሎና። ብዘይምፍላይን ብዘይፍጻሜን ደኣ ንዘለዓለም ብሓድነት ጸኒዑ ይነብር

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
ወቦ ጊዜ ዘይትፈለጥ እምኔሁ አላ እጉዝ ውእቱ በጽምረት እንበለ ፍልጠት ወኢተፍጻሜት ለዓለመ ዓለም።	እምበር፡ ኣብቲ ካብ ድንግል ዝወሰዶ ሥጋ ዝኃድረሉ ጊዜ ዘሎ፡ ከምኡ ውን ካብኡ ዝፍለየሉ ጊዜ ዘሎ ኣይኮነን።
፸፭ አልቦቱ ለቃል ፍልጠት እምሥጋሁ ዘኮነ አሐደ ምስሌሁ ኀቡረ ወአልቦቱ ተፍጻሜት ከመ ይትአተት እምኔሁ አላ ውእቱ ይትዋሐድ ቦቱ በህላዌ እንበለ ፍልጠት ወኢማኅለቅት ወኢሙስና ዘከመ ተዋሕዶት ህላውያዊ ኈዱ ውእቱ ወአኮ ፪ቱ ወውእቱ አምላክ በህላዌሁ መንፈሳዊ ወውእቱ ሰብእ በህላዌሁ ሥጋዊ ወቦቱ እሎንቱ ፪ቱ ልደታት ኈዱ እምአብ እምቅድመ ዓለም መንፈሳዊ እንበለ ሱታፌ ምስካበ አንስት ወካልኡ እምድንግል ማርያም ቅድስት እንበለ ሱታፌ ምስካበ ተባዕት ወውእቱ ዝንቱ ኈዱ ውእቱ ባሕቲቱ ውእቱ ክመ እምቅድመ ትሥጉት ወዓዲ ውእቱ ክመ እምድኅረ ትስብእት ወኢወሰከ ምንተኒ በጕልቁ አካሉ ወይእዜሰ ኈዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ። መዝ ፻፪(፻፩)፡፳፯። ዕብ ፲፫፡፰።	25 ንቃል ካብቲ ብተዋሕዶ ምስኡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ሥጋ ምፍላይ የብሉን። ካብኡ ንኽፍለ ፍጻሜ የብሉን። ብዘይ ምፍላይ ብዘይ ፍጻሜ ብዘይ ምልዋጥ ንሱ ብባህርይ ተዋሕዶ ሓደ ኮይኑ ይነብር እምበር። ተዋሕዶኡ ናይ ባህርይ ብምኻኑ ሓደ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን። ብረቂቕ ባህሪኡ ኣምላኽ እዩ፡ ባህርየ ሥጋ ገንዘቡ ብምግባሩ ድማ ሰብ እዩ። እዞም ክልተ ልደታት ኣለዎ። እቲ ሓደ ቅድሚ ዓለም ካብ አብ ብዘይ ኣደ ዝተወልዶ ልደት እዩ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ብዘይ ኣቦ ዝተወልዶ ልደት እዩ። እዚ ንሱ ሓደ በይኑ እዩ። ሰብ ቅድሚ ምኻኑ ንሱ እዩ፡ ሰብ ድኅሪ ምኻኑ ውን ንሱ እዩ። ካልኣይ ኣካል ኣይወሰኽን። እምበኣር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ። መዝ 102(101)፡27, ዕብ 13፡8።
፸፮ ነአምን ከመ ቦቱ ኈዱ አካል ወኈዱ ህላዌ ወኈዱ ግብር ወኢያፍለሰ መለኮት ትስብእተ ኀቤሁ ወኢያገበረ ትስብእት መለኮተ ለዓቱ ዘከመ መንግሥት ወኢበእንተ ንጽሕና ዘከመ ነቢይ አላ ሠምረ ቃል ወተሠገወ እማርያም ድንግል ወላዲተ አምላክ ወአስተፃመረ ፪ተ ኀበ ተዋሕዶ ብእሲ ፍጹም ይግበር ቦቱ ሰላመ። ማቴ ፲፮፡፲፫-፲፮።	26 ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ግብሪ ከምዘለዎ ንኣምን። መለኮት ንትሰብእት ናብኡ ኣይሰሓቦን፡ ትሰብእት ውን ንመለኮት ንገሠኒ ኢሉ ኣይገበረን። ወይ ውን ቡቲ ንጽሕናኡ ከም ነቢይ ማኅደር ኣይኮነን። ቃል ብፍቓዱ ካብ ወላዲተ ኣምላኽ ድንግል ማርያም ሥጋ ወሰደ፡ ፍጹም ሰብ ብምኻን ውን ንክልቲኦም ሓደ ገበረ ደኣ እምበር። እዚ ኸኣ ዕርቂ ብእኡ ንኽገብር እዩ። ማቴ 16፡13-16።
፸፯ ወአኮ ኈዱ እምህላዌያት ላእክ ለካልኡ ዘከመ ገብር ወአኮ እሙንቱ ምትሐት ወኢጽላሎት አላ ፪ቱ ህላዌያት ጽኑዓን በተዋሕዶ እንበለ ሙስና ወኢፍልጠት ወኢተቶስሑ ፪ቱ ህላዌያት ከመ ኢይማስኑ በጥዕመተ ሞት አላ መዋዔ ሞት ወሕማማት ተዋሐደ እንበለ ትድምርት ምስለ	27 ክልተ ባህርያት ብዘይምልዋጥ ብዘይ ምፍላይ ብተዋሕዶ ጸኒያም ይነብሩ እምበር፡ ካብዘም ባህርያት እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ከም ግዙእ ዝለኣኽ ኣይኮነን። እዚኣቶም ውን ሓሶት ምትሓት ኣይኮኑን። ክልቲኦም ባህርያት ኣይተሓዋወሱን። ሞት ብምቕባል ምእንቲ ከይልወጡ፡ ንሞትን ሕማምን ዝስዕር ቃል ምስቲ ሞት ዝሰዓሮ ሥጋ ብዘይ ምትሕውዋስ ተዋሓደ እምበር።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬	ዘሳዊሮስ ም. 84
ዘይመውያ ሞት ወአዕረዮ ወረሰዮ በፏደ ህላዌ መዋዔ ይኪድ ሞተ።	ሓደ ገበሮ፣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሞት ምእንቲ ክስዕር፣ ዝስዕር ኣምላኽ ገበሮ።
፳፰ ፏዱ አካል ወፏዱ ወልድ እግዚአብሔር እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ውእቱ ወአልቦቱ ሕፀፅ ወኢውላጤ ወዝውእቱ ዘግዑዝ ወርሑቅ እምኮሉ ምትሐት ወኮሉ ፍልጠት ወኮሉ ትድምርት ወኮሉ ተፋልሶ።	28 ሓደ ኣካል ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም እዩ። ምልዋጥ ኮነ ጕድለት (ሕፀፅ) የብሉን። እቲ ካብ ምትሓት ምኻን፣ ምፍላይ፣ ምትሕውዋስን ምልዋጥን ካብዚ ኮሉ ዝረሓቐ እዚ እዩ።
፳፱ ወአኮ መለኮት ዘእንበለ ፍሬ ውስተ ሥጋ ወኢይጠፍእ ህላዌ ሥጋ በመለኮት አላ ለለፏዱ እምህላዌያት ጽኑዓን በህላዌሆሙ ዘእንበለ ውላጤ ወህላዌ ዘኢይመውት ኮነ አሐደ ምስለ ዘይመውት በህላዌሁ ወዘይሴሲ ለኮሉ ፍጥረት ዘሥጋ ኮነ አሐደ ምስለ ዘይርኅብ ወይጸምእ።	29 መለኮት ዘይተዋሓደ ኣብ ሥጋ ዝኃደረ ኣይኮነን። ባህርየ ሥጋ ብመለኮት ኣይልወጥን እዩ። እዞም ባህርያት ነፍስ ወከፎም ብባህሪኦም ብዘይምልዋጥ ጸኒያም ይነብሩ እምበር። ዘይመውት ባህርይ ምስቲ ብባህሪኡ ሞት ዝሰማምየ ሓደ ኾነ። ንኮሉ ሥጋውን ደማውን ፍጥረት ዝምግብ ንሱ ምስ ዝጠምን ዝጸምእን ሓደ ኾነ።
፴ ወዘኢይማስን በህላዌሁ ኮነ አሐደ ምስለ ዘይማስን ወተወክፈ ቀኖስለ ቅሥፈት ወድካመ ቀዊም ወሐዊረ ፍኖት ወሕማመ ሥጋ እምፀዊረ መስቀል ወይብሰተ ጕርዔ እምጽምእ እንዘ ሀሎ ስቁለ ዲበ ዕፀ መስቀል ወሁከተ ነፍስ እስከ ለሞት ወርግዘተ ገቦ እምእደ ሐራዊ ወውኅዘተ ደም ወማይ እምነቅዓ ሕይወት እምድኅረ ሞቱ ዘንተ ኮሉ ሕማማተ ተወክፈ ቃል በሥጋ ወኢኮነ ምትሐተ አላ ፏዱ ውእቱ ምስሌሁ በፏዱ አካል ወተዋሕዶቱ በፏዱ ገጽ አልቦቱ ፍልጠት እምድኅረ ተዋሕዶ ።	30 ብባህሪኡ ዘይልወጥ መለኮት ምስቲ ምልዋጥ ዝሰማምየ ሥጋ ሓደ ኮይኑ፣ ቀኖስሊ ግርፋት፣ ድኻም ናይ ቁመትን መንገዲ ምኻድን፣ መስቀል ካብ ምሽካም ዝመጽእ ሕማም ሥጋን ተቐበለ። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከሎ ብጽምኢ ጐረሮ ምንቃጽ፣ ክሳዕ ሞት ዝበጽሕ ኃዘን ነፍሲ፣ ብኢድ ወተሃደር ምውጋእ ጐድንን፣ ድኅሪ ሞቱ ካብቲ ምንጪ ሕይወት ጐድኑ ደምን ማይን ምፍሳስን እዚ ኮሉ መከራ'ዚ ቃል ብሥጋ ተቐበለ። ሓደ ኣካል ብምኻን ምስኡ ሓደ እዩ እምበር ምትሓት ኣይኮነን። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ዝተዋሓዶ ተዋሕዶ ድኅሪ ተዋሕዶ ምፍላይ የብሉን።
፴፩ ፏ፩ ወኢይትበሀል ፪ቱ ህላዌ ወ፪ቱ አካል ወ፪ቱ ምግባር ወዘሰ ዘይብል ዘንተ ይክሕድ ተዋሕዶተ ዘበ፪ቱ በከመ ሁሰት ያማስን ምሥጢረ ቅዱሰ ወይእዜሰ ናርሕቅ እምነ ቃል ኮሎ ዝክረ ፪ቱ ኮሎ ምትሐተ ወኮሎ ፍልጠተ ወኮሎ ውላጤ ወዝክረ ምትሐትሰ ወውላጤ ዕበዱ ውእቱ ለአውጣኪ ርኩስ።	31 ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ክልተ ግብሪ ኣይበሃልን እዩ። ‹ተሓዋወሰ› ምባል ንምሥጢረ ተዋሕዶ ከምዘጥፍእ፣ ‹ክልተ› ዝብል ውን ኣብ ክልተ ባህርያት ዘሎ ተዋሕዶ ይኽሕድ እዩ። እምበኣር ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ እዩ፣ ‹ምትሓት እዩ፣ ተፈልየ ተለወጠ› ምባል ኮሉ ካብ ቃልና ነርሕቐ። ምትሓት እዩ፣ ‹ተለወጠ› ምባል ናይ'ቲ ዝተጸልአ ኣውጣኪ ክሕደት እዩ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፬ ፥ ም. ፹፭	
፴፪ ወንሕነሰ ነአምን በ፩ዱ ክርስቶስ ወሕማማቲሁ ቅድስት እንተ አልባቲ ኃጢአት ወውእቱ ወልዱ ወፍቁሩ ለአብ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ዕሩይ በ፩ዱ ህላዌ ወለእመኒ ወልድ ሐመ በህላዌ ሥጋ መዋዒ በእንተ ዝንቱ ኮሎ ዘይደሉ ለመለኮት ወኮሉ ዘይደሉ ለትስብእት ንብል ከመ ውእቱ ለዝንቱ ፩ዱ ክርስቶስ ባሕቲቱ ዘተወክፎ በእንቲአነ በፈቃዱ።	32 ንሕና ግና ብሓደ ክርስቶስን፡ በታ ምኽንያት ኃጢኣት ዘይተረክባ ክብሪ እተውህብ ሕማሙን ንኣምን ኢና። ንሱ ድማ ንእብ ዝተፈትወ ወዱ እዩ። **እብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ሠለስቲኡም ሓደ ባህርይ እዮም። ዋላ እኳ ወልድ ብመዋቲ ሥጋ እንተሓመመ፡ በዚ መሠረት ኮሉ'ቲ ንመለኮት ዝግባእን ኮሉ ንትስብእት ዝግባእን ብፍቓዱ ምእንታና ዝተቐበሎ ንሓደ ንእኡ ንክርስቶስ ጥራይ ገንዘብ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና።
፴፫ ልዑል ዘይትነከር ወትሑት ዘየሐምም ጎቡረ ለዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ዘተዐገሠ ሕማማተ በሥጋሁ ወእንሥአ ሙታነ በመለኮቱ በከመ ጽሑፍ አንተሰ አንተ ክመ ወዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ኢኮነ ፪ተ ሞተ በሥጋ ወሞያ ለሞት በመለኮቱ ወተንሢኡ ወህበነ መዊዐ ዘለዓለም ወሰበረ ቀኖተ ሞት ወወህበነ ዕፀ ሕይወት እንተ ይእቲ ትንሣኤ ቅድስት ስብሐት ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወለአቡሁ ኄር ወለመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ እምይእዜ ወእስከ ለዓለመ ዓለም አሜን።	33 ዝድነቐ ልዑለ ባህርይ፡ ዝሓምም ትሑተ ባህርይ፥ ነቲ ብሥጋ ብፍቓዱ መከራ ዝተቐበለን፡ ብመለኮት ንምውታን ዘተንሥአን ንሓደ ንእኡ ጥራይ ብሓድነት ገንዘቡ እዩ። 'ንሰቓስ ኮሉ ሳዕ ንሰቓ ኢቓ' ተባሂሉ ከም ዝተጻሕፈ እዚ ሓደ ጥራይ እዩ፡ ክልተ ኣይኮነን። ብሥጋ ሞተ፡ ብመለኮቱ ንሞት ሰዓረ። ናይ ሞት ባርነት ኣጥፍኡ። ዕፀ ሕይወት ሃበና። እዚኣ ኸኣ ቅድስቲ ትንሣኤ እያ። ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንለዋህ ኣቦኡን ንዘድጎን መንፈስ ቅዱስን ክብሪ ምስጋና ይግብኦም። ካብ ሎሚ ክሳዕ ዘለዓለም ኣሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፹፭ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 85 ክፍሊ 2**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በውስተ መልእክቱ ጎበ ዩልያኖስ ፈረሳዊ በእንተ ትሥጉተ እግዚእ አምላክ ቃል።	1 ደጊሙ ውን እዚ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ንዮሉ ፈጢሩ ዝገዝእ ኣምላኽ ቃል ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ናብቲ ፈረሳዊ ዩልያኖስ ኣብ ዝለኣኾ መልእክቱ ከምዚ በለ።
፪ ንስምዖ ይእዜ ለብፁዕ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ እጕኑ ለዓቢይ ባስልዮስ በውስተ ሣልስ ድርሳኑ ዘጸሐፎ እንዘ ይብል ወሶበ ኮነ ቃል ሥጋ አምሳለ ሥጋነ ኢረሰየ ሎቱ ካልአ ሥርዓተ በካልእ አምሳል ዘምትሐት አላ ዘከመ ልማደ ሥጋ አጽንዐ ሥጋሁ በበሊዕ ወበሰትይ ወቦቱ አመረ ኮሎ ከመ ውእቱ ኮነ ሰብአ ዘበአማን ። ሉቃ ፪፡፴፬-፴፮።	2 ናይቲ ዓቢይ ባስልዮስ ጋውን ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስን ዝኾነ ብፁዕ ጎርጎርዮስ ኣብቲ ሣልሳይ ድርሳኑ፥ 'ቃል ነቲ ከማና ዝኾነ ሥጋ ምስ ተዋሓደ ምትሓት ብምኻን ፍሉይ ሥራሕ ኣየምጽአን፡ እኳ ደኣ ከም ሥርዓተ ሥጋ ብምብላዕን ብምስታይን ሥጋኡ ኣጽንዐ፡ ብምብልዑን ብምስታዩን ውን ብሓቂ ሰብ ከምዝኾነ ንዮሉ ኣረድኡ' ክብል ዝጸሓፎ ሎሚ ነስተውዕሎ። ሉቃ 7፡34-36።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭	ዘሳዊሮስ ም. 85
፫ ወካዕበ ደገመ ዘንተ ነገረ ውስተ ራብዕ ድርሳኑ እምፍካሬ ብፁዓን እንዘ ይብል እስመ ዘኮነ ከማነ በሥሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ተሳተፈ ሕማመ ዚአነ ዘይደሉ ለህላዌነ ወተወክፈ ረኃብ እስመ ለረኃብ አልቦቱ ኃጢአት ወእምዝ ዓዲ ተወክፈ ፍትወተ መብልዕ ሶበ ጾመ ፵ መዓልተ ወ፵ ሌሊተ ወእምዝ ርኅበ በጊዜ ዘፈተወ ከመ ይረሲ ህላዌሁ ይኅሥሥ ሥርዓተ ሰብእና ዘዚአሁ። ማቴ ፬፡፩-፫።	3 አብቲ ትርጓሜ ዓንቀጸ ብፁዓን አብ ዝተዛረበሉ ራብዓይ ድርሳኑ፥ 'ብዘይካ ኃጢኣት ከማና ሰብ ዝኾነ ቃል ነቲ ንባህርይና ዝሰማማዕ ናትና ሕማም ገንዘብ ገበረ። ንጥሜት ኃጢኣት የብሉን እሞ ጥሜት ውን ገንዘብ ገበረ። ብድኅር'ዚ ኽአ አርብዓ መዓልትን አርብዓ ለይትን ምስ ጾመ ድሌት መብልዕ ገንዘብ ገበረ። ባህሪኡ ነቲ ናቱ ሥርዓት ከም ዝደሊ ንኽገብር አብ ዝፈተወሉ ጊዜ ድማ ጠመየ' ክብል ደጋጊሙ ተዛረበ። ማቴ 4፡1-5።
፬ ወካዕበ ይቤ አብ ቅዱስ አብረቅሊስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኪስኪስ ዘከመዝ ነገረ ወአግሀደ ንባቦ በውስተ መልእክቱ እንተ ፈነዋ ለሰብአ ሴሜርኔስ እንዘ ይብል እስመ ቃል ኮነ ሰብአ ዘበአማን ወኢኀደገ ህላዌሁ እምኔሁ አላ ውእቱ አምላክ ቀዳማዊ ወኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ወፈደየ ዕዳሆሙ ለእጓለ እመሕያው በሞቱ ዘበእንቲአሆሙ ተወክፈ በትሰብእቱ ዘከመ እጓለ እመሕያው እንዘ ውእቱ ነሣቴ ሞት በመለኮቱ። ፪ቆሮ ፭፡፲፱-፳፩።	4 ከምኡ ውን እዚ ናይ ኪስኪስ ኤጲስቆጶስ ኣቦ ቅዱስ ኣብረቅሊስ ነዚ ከምዚ ዝበለ ነገር ኣብ ዝተዛረበላን፡ ንሰብ ሴሜርኔስ ኣብ ዝለኣኻን መልእኽቱ፥ 'ቃል ብሓቂ ሰብ ኮነ፡ ብኽድምና ዝነበረ ኣምላኽ እዩ እምበር ሰብ ብምኻኑ ባህሪኡ ኣይኃደገን። ብዘይምልዋጥ ሰብ ኮነ፡ ንሱ ብመለኮቱ ንሞት ዘጥፍኣ ክኸውን ከሎ ከም ደቂ ኣዳም ሰብ ብምኻኑ ምእንታኣም ብዝሞቶ ሞት ናይ ደቂ ሰባት ዕዳኣም ከፈለ' ክብል ነገሩ ኣረድኣ። 2ይ ቆሮ 5፡14-21።
፭ ወኢይደልወነ ንእመን ሕሊናነ ባሕቲቶ ከመ ኢይትፈጸም ላዕሌነ ቃለ ትንቢት ዘይብል በገሥጾ አሌ ለሙ ለእለ ይረስዩ ርእሶሙ ባሕቲቶ ጠቢባነ አላ ንትሉ እምነተ አበዊነ ቅዱሳን መም ህራነ ቤተ ክርስቲያን እስመ ኮሉሙ ይትአመኑ በመድኃኒነ ከመ ውእቱ ተወክፈ ሥጋ እምህላዌነ ዘውእቱ ፭ዱ ምስሌነ አኮ ዘንተ ባሕቲቶ አላ ቦቱ ተወክፈ ሕማማተ ዘከማነ። ዕብ ፪፡፲፯። ኢሳ ፭፡፳፭። ዮሐ ፩፡፲፬።	5 'እቶም ንርእሶም ጥራይ ፈላጣት ዝገብሩ ሰባት ወይልኦም' ተባሂሉ ብተግሣጽ ዝተነግረ ቃል ትንቢት ኣብ ልዕሌና ምእንቲ ከይፍጸም ነቲ ሓሳባትና ጥራይ ክንኣምን ኣይግባእን። ንሃይማኖት ቅዱሳን ኣቦታትና መምህራነ ቤተ ክርስቲያን ደኣ ንኃዝ። ኮሎም እቲ ምሳና ሓደ ዝኾነ ሥጋ ካብ ባህሪና ንሱ ከምዝተዋሓደ ብመድኃኒና የኣምኑ እዮም። ሕማም ውን ከማና ብሥጋ ተቐበለ እምበር ሥጋ ጥራይ ተዋሒዱ ዝተረፈ ኣይኮነን። ዕብ 2፡18። ኢሳ 5፡21። ዮሓ 1፡14።
፮ ወዝንቱ ነገር ክሡት ከመዝ በውስተ መጻሕፍት ቅዱሳት ሶበ ይቤ እግዚእ በእንተ ርእሱ ወበእንተ ዓመፃሆሙ ለአይሁድ መስተሣልቃን እለ ተቃፀብዎ ወሰኩኒ ዲበ ጸልዕየ ቀኖስለ	6 ጐይታ ብዛዕባ ርእሱን ብዛዕባ ክሕደት እቶም ዝጸረፍዎ ኣይሁድን፥ 'ኣብ ልዕሊ መከራ መከራ ወሰኹኒ' ምስ በለ እዚ ነገር'ዚ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ፍሉጥ እዩ። በዚ ኽኣኣብ ባህርየ መለኮቱ ሕማም

ዘሳዊሮስ ም. ፹፩	ዘሳዊሮስ ም. 85
ወበዝንቱ አያቀ ግብሮ ከመ ውእቱ ተሠገወ በሥጋ ሐማሚ እንዘ ውእቱ ኢሐማሚ በህላዌ መለኮቱ። መዝ ፷፱(፷፰)፡፳፮። ኢሳ ፭፡፫-፯። ፶፱፡፯። ፩ጴጥ ፪፡፳፬።	ዘይብሉ እንከሎ ሕማም ዝሰማምየ ሥጋ ከምዝተዋሓደ ንሥራሑ ኣረድኣ። መዝ 69(68)፡26, ኢሳ 1፡5-7, 49፡7, 1ይ ጴጥ 2፡24።
፯ ወዓዲ ጸሐፈ ከመዝ ሄሬኔዎስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ስፍጥ እንተ ሀለወት በምዕራብ ወዝንቱ ቅዱስ ሰማዕት ሄሬኔዎስ ረድኦሙ ለሐዋርያት ወተሠ ይመ ኤጲስ ቆጶስ በሴሜርኔስ ይቤ በውስተ ሣልስ ድርሳኑ ዘነበበ በእንተ ዐላውያን ከመዝ እመሰ ከመ ባህልክሙ ኢሐመ ቃለ እግዚአብሔር በሥጋ ወኢሞተ በሥጋ ዕፁብ ውእቱ ይትበሀል ከመ ውእቱ ተወልደ እምድ ንግል ግሙራ አው ተመጠወ መብልዐ ዘይደሉ ለምድራውያን።ማቴ ፲፭፡፲፱።	7 ከምኡ ውን ናይታ ኣብ ምዕራብ ዘላ ሃገረ ስፍጥ ኤጲስ ቆጶስ ሄሬኔዎስ ከምዚ ዝበለ ነገር ጸሓፈ። እዚ ሰማዕት ቅዱስ ሄሬኔዎስ ናይ ሓዋርያት ወደ መዝሙር ነበረ። ኣብ ሴሜርኔስ ውን ኤጲስቆጶስ ተሸይሙ ነበረ። ናይ መናፍቓን ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ሣልሳይ መጽሓፉ ከምዚ በለ፥ ከም ኣበሃህላኹም እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋ ዘይሓመመን ብሥጋ ዘይሞተን እንተኾይኑ፣ ካብ ድንግል ከምዝተወልደ ኮነ ንምድራውያን ዝግባእ መብልዕ ከምዝበልዐ ክዝረብ ፈጺሙ ሽግር እዩ። ማቴ 11፡19።
፰ ንሕነሰ ንትአመን ከመዝ ሕማማተ ዘተዐገሦሙ በሥጋ ዘውእቶሙ ረኀብ ወጽምእ ንዋም ወተረፈ ሕማማት እለ ተወክፎሙ እሙነ ወአኮ በምትሐት ወከመዝ ነአምን ዓዲከ ውእቱ ተወክፈ ሕማማተ ነፍስ ዘውእቱ ሁከት ወትካዝ ዘከመ እጓለ እመሕያው።ዮሐ ፲፪፡፳፫።	8 ንሕና ግና ብሥጋ ብፍቓዱ ንዝተቐበሎ ሕማማት ከምዚ ኢልና ንኣምን። እዚኣቶም ድማ ጥሜት ጽምኢ ድቃስ፣ ከምኡ ውን ካልኦት ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ዝተቐበሎም ሕማማት እዮም። ከምዚ ኢልና ሕማመ ሥጋ ከምዝኣመንና ከምኡ ድማ ሕማመ ነፍስ ከምዝተቐበለ ንኣምን። እዚ ድማ ከም ሰብ ምጎዛን ምትካዝ እዩ። ዮሓ 19፡28።
፱ ወለእለሰ ይብሉ እስመ ክርስቶስ ኢሐመ እንዘ ይዘበጥ ወኢሐመ ዲበ መስቀል ሶበ ተቀነወ በቅንዋት ወተረፈ ሕማማት እንተ ረከበቶ ንሕነ ናወግዞሙ ከመ ዐላውያን ወንትአመን በዝንቱ ኮሉ እስመ እግዚአብሔር ቃል ተወክፎ እንዘ ውእቱ ኢሐማሚ በህላዌሁ ወዳእሙ ነሥአ ሥጋ ሰብእ ይትወከፍ እሙንተ ሕማማተ ወኮነ አሐደ ምስሌሁ እንበለ ውላጤ።	9 'ክርስቶስ ክግረፍ ከሎ ኣይተሰምየን፣ ኣብ መስቀል ብቅንዋት ክሸንከር ከሎ ውን ኣይተሰምየን፣ ካልእ መከራ ውን ክቐበል ከሎ ኣይተሰምየን' ዝብሉ ግና ዓላውያን ብምኻኖም ነውግዞም ኢና። እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም እንከሎ ከምዝተቐበሎ በዚ ኮሉ ንኣምን ኢና። ነዞም ሕማማት እዚኣቶም ንክቐበል ሥጋ ሰብ ወሰደ፣ ብዘይምልዋጥ ኽኣ ምስኡ ሓደ ኮነ።
፲ ወእንዘ ዝንቱ ትምህርት ዘአበዊነ ቅዱሳን በእንተ እልአንቤርስያ ዘበትርጓሜሁ ኢማሳኒ ሥጋ ቅዱስ ለክርስቶስ ዘውእቱ እንበለ ኃጢአት እፎኑ ይትበሀል ከመ ውእቱ ኢሐመ ሕማመ ወኢሞተ ወእንዘ ውእቱ	10 ብዛዕባ ' እልኣንቤርስያ ማለት ኃጢኣት ዘይብሉ ናይ ክርስቶስ ሥጋ ዘይልወጥ ቅዱስ ሥጋ እዩ' ዝብል ትምህርቲ ቅዱሳን ኣቦታትና እዚ እንከሎ፣ ከመይ ኢሉ ንሱ ኣይሓመመን ኣይሞተን ተባሂሉ ይንገር። እሙናት ቅዱሳት መጻሕፍቲ

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭	ዘሳዊሮስ ም. 85
ድኩም ወሐማሚ ዘከመ ስምዐ ይከውና ቅዱሳት ወጽዱቃት መጻሕፍት እፎኑ ይከውን ኢሐማሚ ወኢመዋቲ።	ከምዝመስክርዎ ሕማምን ድኻምን ተቐቢሉ እንከሎ ከመይ ኢልካ ኣይሓመመን ኣይሞተን ይበሃል።
፲፩ እመቦ ዘይቤ እፎኑ ንብል በእንተ ሥጋ ዘኮነ ኢመዋቲ ከመ ውእቱ መዋቲ ወሥጋ ዘተውህበ ሎቱ ዘኢየሐምም እፎኑ ሐመ በሕማም ወዘሰ ይብል ዘንተ ያእምር ከመ ውእቱ ክሕደ ሥርዓተ ዘገብሮ ቃል በእንቲኣነ ለግሙራ ወኢፈተወ ይትአመን ከመ ሥጋ እግዚኣብሔር ቅዱስ ሐመ ወሞተ ወዝንቱ ይከውን ዕሩቀ እምሃይማኖት ።	11 'ዘይመውት ቃል ስለዝኾነ ከመይ ኢልና ሥጋ ሞተ ንብል ኣሎና፡ ዘይሓምም ቃል ዝተዋሓደ ሥጋስ ከመይ ኢልና ሓመመ ንብል፡' ዝብል ሰብ እንተሎ፥ ነቲ ቃል ምእንታና ዝገበሮ ሥርዓት ፈጺሙ ከም ዝኸሓደ ይፍለጥ። እቲ ጐይታ ዝተዋሓዶ ንጹሕ ሥጋ ከምዝሓመመን ከምዝሞተን ኃኽኣምን ውን ከምዘይፈተወ ይፍለጥ። እዚ ካብ ሃይማኖት ፍሉይ እዩ ዝኸውን።
፲፪ እመሰ እግዚኣብሔር ቃል ኢሐመ ወኢሞተ በእንቲኣነ በሥጋሁ ዘእንበለ ዳእሙ በምትሐት አው ዘከመ ሕልም እንከሰ ኢበጠለ ሥልጣነ ሞት እስከ ይእዜ ወንሕነሂ ዓዲ ህልዋን በኃጢኣትነ ወአልብነ ድኂን እመሰ ኢሞተ እሙነ ወትንሣኤሁኒ ሐሰት ውእቱ እንከ ወባሕቱ ለይምጻእ ማእከሌነ ዝየ ጠቢብ ቄርሎስ ከመ ይገሥፅ ዕበደ ዐላውያን እንዘ ይብል ከመዝ እመሰ ሥጋ ዘይመውት ኢተንሥአ እሙታን አይቴኑ ሙዓቱ ለሞት ወአይቴኑ ቃለ ነቢይ ዘይቤ አነ አድኅኖሙ እምሲኦል ወእባልሐሙ እምነ ሞት። ኢሳ ፳፭፥፰።	12 እግዚኣብሔር ቃል ምእንታና ብሥጋ እንተዘይሓመመን እንተዘይሞተን፡ ብሓሶት መሲሉ ብምርኣይ ጥራሕ እንተኾይኑ እምበኣር ክሳዕ ሎሚ ሥልጣን ሞት ኣይጠፍአን፡ ንሕና ውን ገና ብፍዳ ኃጢኣት ተታሒዝና ድኅነት ኣይረኸብናን ማለት እዩ። ብሓቂ እንተዘይሞይቱ እምበኣር ትንሣኤኡ ውን ሓሶት እዩ። ግና እቲ ፈላጥ ቅዱስ ቄርሎስ ንክሕደት መናፍቓን ከርሕቕ ናብ ጉባኤና ከምዚ እናበለ ይምጻእ! 'መዋቲ ሥጋ ካብ ምዉታን ተፈልዩ እንተ ዘይተንሢኡ ደኣ እቲ ንሞት ምስዓር ኣበይ ኣሎ፡ ኣነ ካብ ሞት ክድኅኖም እየ፡ ካብ ሲኦል ውን ክውጽኦም እየ ዝብል ቃል ነቢይ ከ ኣበይ ኣሎ፡' ኢሳ 63፡8።
፲፫ ወባሕቱ ነገሩ ለጳውሎስ ሐዋርያ ያብሕም አፉሆሙ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ተንሥአ እምውታን ወውእቱ በሰኮር ለዘሰከበ ወካዕበ ንኒጽር ዘነበቦ ጠቢብ ቄርሎስ ውስተ መጽሓፈ መዝገብ ዳግመ እንዘ ይብል እስመ ለፍርሃት ወረኀብ ወዘይመስሎሙ ተወክፎሙ እግዚእነ ክርስቶስ ወኢተእኅዘ ቦሙ አላ ተዐገሠ ከመ ይትወከፎሙ በህላዌ ትስብእቱ ከመ ያብጥሎሙ ወይምልሐሙ ለዝሉፉ።	13 እንተኾነ ግና ዘረባ ሓዋርያ ጳውሎስ፥ 'ክርስቶስ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥኡ፡ ናይቲ ዝሞተ ሰብ ውን ቐሸሪ ኾነ' ዝበሎ ኣፎም የዕጽዎም መልሲ የስእኖም እዩ። እዚ ፈላጥ ቄርሎስ መዝገብ ኣብ ዝበሃል መጽሓፍ፥ 'ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ምፍራሕ ምጥማይን ኵሉም ነዚኦም ዝመስሉን ተቐበለ' ክብል ነቲ ደጊሙ ዝተዛረቦ ነስተውዕል! ሰብ ብምኻኑ ናቱ ክገብሮም ፈተወ ደኣ እምበር ብእኦም ኣይተሳዕረን። እዚ ኽኣ ንዘለዓለም ነቓቂሉ ኃኸጥፍኦም እዩ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭

፲፬ ወሶበ ተወክፎሙ ማሰነ ኃይሎሙ ሶበሰ ኢፈርሀ እምሀለወ ፍርሀት ለዝሉፉ ላዕለ ህላዌ እጓለ እመሕያው ወሶበሰ ኢሐመ እምኢረከቡ ግዕዛነ እጓለ እመሕያው እምነ ሕማም ወትካዝ ሶበሰ ኢተሀውከ እምኢሰሰሉ ሁከታት እምኔነ ኢሆከ እግዚእነ ክርስቶስ እሎንተ ሕማማተ ከመ ይኅልፉ ዲቤሁ በፈቃዱ አላ በሁከቶሙ ማሰኑ በኃይሉ ለቃል ዘኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ።

፲፭ በከመ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ገባሬ ተአምራት ወሐተሞ ቄርሎስ ጠቢብ በፆዱ ተሰናዕዎ ምስሌሁ ከመዝ መኑ ዘይትሀበል ወይብል ከመ ሥጋሁ ለመድኃኒነ ክርስቶስ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ።

፲፮ ወዓዲ ይቤ ዓቢይ ጎርጎርዮስ እንዘ ያስተጋፍር ደዌሆሙ ለኢድልዋን እስመ ሶበ አመከሮ ሰይጣን በገዳም ተዐገሠ አኮ ፈቂዶ መከራሁ አላ ከመ ያብጥል ኃይሎ ለዘያሜክር።

፲፯ ወካዕበ ይቤ ኢፀብአ ለጸላኢ በኃይለ መለኮቱ አላ ሞየ በሥጋ ዘየሐምም ወይመውት ከመ በዝንቱ ሥጋ ኢይባእ ኃጢአት ዳግመ ውስተ ዓለም እስመ በኃጢአት ቦአ ሞት ላዕለ ኵሉ ወበዝንቱ ሥጋ ተመስወ ርኩስተ ኃጢአት ወበዝንቱ ሥጋ ሞየ ለመልአከ ኃጢአት።

፲፰ ወይብል ቅዱስ ቄርሎስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእስክንድርያ በ፲፱ወ፪ቱ ግዘት እመቦ ዘኢይትአመን ከመ ቃለ እግዚአብሔር ሐመ በሥጋ ወተሰቅለ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ ወኮነ በሲኦረ ለዘተንሥአ እሙታን እስመ ውእቱ ሕይወት ወሀቤ ሕይወት ውጉዘ ለይኩን።

ዘሳዊሮስ ም. 85

14 ምስ ተቐበሎም ውን ሥልጣኖም ጠፍአ። እንተ ዘይፈርህ ነይሩ ፍርሃት ኣብ ልዕሊ ባህርይ ሰብ ንዘለዓለም ጸኒዑ ምነበረ፣ እንተ ዘይሓምም ሰባት ካብ ኃዘን ትካዜ ናፅነት ኣይምረኸቡን ነይሮም። እንተ ዘይኃዝን ውን ኃዘናት ካባና ኣይምረሓቑን ነይሮም። ብሰንኪ ታህዋኾም ደኣ በቲ ምስ ሥጋ ዝተዋሓደ ቃል ብኃይሉ ጠፍኡ እምበር ነዞም ሕማማት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ርእሱ ብፍቓዱ ኽቕፍጸሙ ኣለዓኺሉ ኣየምጽኣምን።

15 ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ ከምዝበሎን እዚ ፈላጥ ቄርሎስ ውን ምስኡ ኃቢሩ ከምዘጽንዖን፣ ደፊሩ ናይ መድኃኒና ክርስቶስ ሥጋኡ ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ ዝብል መን እዩ፣

16 ንክሕደቶም ናይዞም ንምምሃር ዘይበቕዑ ክንቅፍ ከሎ እዚ ዓቢይ ጎርጎርዮስ ደጊሙ ከምዚ በለ፥ ኣብ ገዳመ ቆሮንቶስ ሰይጣን ምስ ፈተኖ ተዓገሠ፣ ግና ነቲ ፈተና ደልይዎ ዘይኮነስ ንኃይሊ እቲ ፈታኒ ዲያብሎስ ኽቕጥፍእ እዩ።

17 ከምኡ ውን ንዲያብሎስ ብኃይሊ መለኮቱ ኣይተዋግኦን፣ በቲ ዝሓምምን ዝመውትን ሥጋ ደኣ ሰዓሮ እምበር። በዚ ሥጋዚ ውን ኃጢኣት ዳግማይ ናብዚ ዓለምዚ ንከይመጽእ፣ ብምኽንያት ኃጢኣት ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሞት ተፈሪዱ ነበረ እሞ በዚ ሥጋዚ ፍዳ ኃጢኣት ጠፍኡ። እዚ ሥጋዚ ውን ነቲ ኃጢኣት ዘልምዕ ዲያብሎስ ሰዓረ በለ።

18 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ኤጲስቆጶሳት ቅዱስ ቄርሎስ ኣብ ዓሠርተ ክልተ ዓንቀጸ ግዘት ከምዚ በለ፥ እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋ ከምዝሓመመን ከምዝተሰቐለን ብሥጋ ሞት ከምዝተቐበለን እቲ ሕይወት ዝዕድል ሕይወት ብምኻኑ ሸኦሪ ናይቲ ካብ ምዉታን ዝተንሥአ ከምዝኾነ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ዝተፈልየ ዝተወግዘ ይኹን።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭	ዘሳዊሮስ ም. 85
፲፱ ፍካሬ ዝንቱ እምነ ዘነበበ እስመ ቃል ዘመጽአ እምአርያም ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ እስመ ውእቱ ልዑል እምኵሉ ሕማም ወቦቱ ዕበይ ዘኢይትረከብ ወዘኢይጠፍእ ወህላዌ እግዚአብሔር ቃል ይሁብ ሕይወተ ለኵሉ ወውእቱ ይትሌዐል እምኵሉ ሙስና ወሕማም እስመ ዝንቱ ኵሉ አኮ ለመለኮት።	19 ናይዚ ትርጓሜ፡ ካብ ኣርያም ዝመጸ ቃል ዘይሓምምን ዘይመውትን ከምዝኾነ ካብቲ ዝተዛረቦ ከነምጽእ ኢና። ከመይ ንሱ ካብ ኵሉ ሕማም ዝረሓቐ እዩ። ዘይምርመርን ዘይልወጥን ጐይትነት ውን ናቱ እዩ። ባህርየ እግዚኣብሔር ቃል ንኵሉ ሕይወት ይህብ፡ ንሱ ካብ ኵሉ ምልዋጥን ሕማምን ርሑቕ እዩ፤ ምኽንያቱ እዚ ኵሉ ገንዘብ መለኮት ኣይኮነን።
፳ ወውእቱ ፩ዱ ምስለ አብ ዘውእቱ ቃል ዘመጽአ እምአብ ወኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ወረሰዮ ለሥጋ ፩ዱ ምስሌሁ ከመ ቦቱ ይትወከፍ ብዙኃ ሕማማተ ወሞተ በእንቲኣነ ሐመ ከመ ያድኅነነ ለኵልነ እሞት ወሙስና ወወህበነ ሕይወተ ሥጋ ዘመለኮት ወኮነ በኵረ ለዘሰከቡ እስመ ውእቱ በኵር ዘተንሥአ እምነ ሙታን።	20 ንሱ ምስ **አብ** ሓደ እዩ። ንሱ ድማ ካብ **አብ** ተረኺቡ ምስ ሥጋ ሓደ ዝኾነ፡ ምእንታና ብዙኅ ሕማምን ሞትን ንክቕበል ንሥጋ ምስኡ ሓደ ዝገበሮ ቃል እዩ። ንኵላትና ካብ ሞትን፡ ፈሪስካን በስቢስካን ካብ ምትራፍ ውን ንከድኅነና ሓመመ። እቲ መለኮት ዝተዋሓደ ሥጋ ሕይወት ሃበና። ናይቶም ዝሞቱ ሰባት ውን በኵሪ ኮነ። ከመይ በኵሪ ናይቲ ካብ ሞት ተፈልዩ ዝተንሥአ ንሱ ስለዝኾነ እዩ።
፳፩ አኮ ውእቱ ብእሲ ባሕቲቱ ዕሩቅ እምነ ቃል ዘወፅአ እምአብ ክቡር ወጥዕመ ሞተ አላ ውእቱ እግዚአ ስብሐት ሐመ በሥጋ በከመ ጽሑፍ። ፩ቆሮ ፪፡፰።	21 ካብ ባህርይ ኣምላኽ **አብ** ዝተረኽበን ሞት ዝተቐበለን ቃል ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ናይ ክብሪ በዓል ቤት ንሱ ከምቲ ዝተጻሕፈ ብሥጋ ሓመመ ደኣ እምበር። 1ይ ቆሮ 2፡8።
፳፪ ወዐላውያንሰ ነባብያነ ከንቱ ያጠውዩ ሃይማኖተ ቅድስተ እንተ አልባቲ ርስሐት በፈቃዶሙ ወይብሉ ከመ ብእሲ ባሕቲቱ ተሰቅለ በእንቲኣነ ወሠናየ ኮነ ዝንቱ መርገም ያጠይቅ ዓመፃሆሙ ወወርሰኖፎስ ይብሉ በዐመፃ ወክሕደት ርኩስ ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ በህላዌ መለኮቱ ወቀሠፎሙ እግዚአብሔር ቃል ወአማሰኖሙ።	22 ሓሶት ዝዛረቡ መናፍቓን ግና ነታ ጥርጥር ዘይብላ ቅንዕቲ ሃይማኖት ብፍቓዶም ይጠውይዋ። መለኮት ዘይተዋሓዶ ዕሩቕ ብእሲ ምእንታና ከምዝተሰቐለ ይዛረቡ። እዚ ግዘት'ዚ ነቲ ክሕደቶም ንኽረድእ ብዝግባእ ተገብረ። ወርሰኖፎስ ውን ብጽኑዕ ክሕደት ተታ'ኒዞም እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ መለኮቱ ከምዝሓመመ ይዛረቡ እዮም። እግዚኣብሔር ቃል ቀሠፎምን ኣጥፍኦምን።
፳፫ ወዮልያኖስሂ ዓዲ ይክሕድ ሕማማቲሁ ለክርስቶስ ወይብል እስመ ሥጋሁ ለክርስቶስ ኢሐማሚ ወካልአን ተላውያነ ከንቱ ይብሉ እስመ ሥላሴ ፫ቱ ህላዌያት ወሐሳውያን እሙንቱ ወአውጣኪ ይቤ እስመ ሥጋሁ ለእግዚእነ አኮ ውእቱ እምኔነ።	23 ከምኡ ውን ዩልያኖስ ንሕማም ክርስቶስ ይኽሕድ። ሥጋ ክርስቶስ ዘይሓምም እዩ ይብል። ሓሶት ዝኾዙ ካልኦት ውን ሥላሴ ብባህርይ ሠለስተ ከምዝኾኑ ይዛረቡ። እዚኣቶም ውን ሓሰውቲ እዮም።ኣውጣኪ ውን ጐይታና ዝተዋሓዶ ሥጋ ካባና ዝተረኽበ ኣይኮነን ይብል።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭	ዘሳዊሮስ ም. 85
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፳፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በውስተ ድርሳኑ በእንተ ጽሑፍ ዘይቤ አምላኪየ አምላኪየ ለምንት ኃደገኒ እግዚአብሔር ቃል ሶበ አትሐተ ርእሶ ባሕቲቱ በፈቃዱ ወኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ወተሣተፈ ዘዚአሁ በህላዌነ ዘእንበለ ኃጢአት ተዐገሠ ከመ ይጥዐም ሞተ ዘተሠልጠ ላዕሌነ በእንተ ኃጣውኢነ ወአሞቶ ለኃጢአት ጎቡረ።	24 ዳግማይ ውን እዚ ኣቦ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ነቲ 'ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ኃደግካኒ' ዝብል ጽሑፍ ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ እግዚኣብሔር ቃል ንሱ ጥራይ ብፍቓዱ ርእሱ ኣትሒቱ ከይተለወጠ ሰብ ምስ ኮነን፥ ብናትና ባህርይ ብዘይካ ኃጢኣት ሥራሕ ሰብነት ኣብ ዝሠርሓሉ ጊዜን ብሰንኪ ኃጢኣትና ኣብ ልዕሌና ሠልጢኑ ዝነበረ ሞት ንክመውት ፈተወ። ንኃጢኣት ውን ምስቲ ሞት ኣጥፍኡ።
፳፭ አኮ ዘሞተ በእንተ ኃጢአተ ዚአሁ እስመ ኢያእመረ ኃጢአተ አላ አስለጠ ዕዳ ዘላዕሌነ ከመ ይንሥት ሥልጣነ ሞት ወይቀጥቅጥ ቀኖቱ በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ ወሞተ አማኑኤል በእንቲአነ አምሳለ ሞተ ዚአነ ዘውእቱ ፍልጠተ ነፍስ እምሥጋ። ፩ቆሮ ፲፭፡፶፬-፶፮።	25 ኃጢኣት ነይርዎስ ብኃጢኣቱ ዝሞተ ኣይኮነን። ከመይ ኃጢኣት ኣይገበረን። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ ሥልጣን ሞት ንከጥፍእ፡ ባርነቱ ውን ንኽብቅዕ ነቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈርደ ዕዳ ከፈለ እምበር። ኣማኑኤል ምእንታና ናትና ሞት ዝመስል ሞት ሞተ። እዚ ኸኣ ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ ምፍላይ እዩ። 1ይ ቆሮ 15፡54-56።
፳፮ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ በሥልጣኑ ዘከመ ይደሉ ለመለኮቱ አንሰ እሜጡ ነፍስየ ህየንተ አባግዕየ ቤዛ ወአልቦ መኑሂ ዘየኀይደንያ ለልየ እሜጥዋ በፈቃድየ ብውህ ሊተ እመጥዋ ለነፍስየ ወብውህ ሊተ አንሥኣኒ ። ዮሐ ፲፡፲፯።	26 ስለዚ ድማ ከምቲ ንጐይትነቱ፡ ዝግባእ ቦቲ ሥልጣኑ 'ስለ ምእመናን በጃ ጌረ ነፍሰይ ካብ ሥጋይ ክፈሊ እየ፡ ኣነ ብፍቓደይ ይፈልያ እምበር ሓደ እኳ ዝፈልያ የልቦን፡ ንነፍሰይ ካብ ሥጋይ ኽፈልያ ሥልጣን ኣለኒ ምስ ሥጋይ ኣወሓሒደ ውን ኽኸተንሥኣ ሥልጣን ኣለኒ' በለ። ዮሓ 10፡17።
፳፯ ወዓዲ ውእቱ ዘይቤ ዲበ መስቀል አባ ውስተ እዴከ አመኀፅን መንፈስየ ወሶበ ይቤ ዘንተ መጠወ ነፍሶ። ሉቃ ፳፫፡፵፮። መዝ ፴፩(፴)፡፮።	27 ከምኡ ውን ኣብ መስቀል ‹ኣቦይ ንነፍሰይ ናብ ኢድካ እህባ ኣለኹ› ዝበለ ንሱ እዩ። ነዚ ምስ በለ ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ፈለየ። ሉቃ 23፡46። መዝ 31(30)፡6።
፳፰ እመሰ ኮነ ከመ ዕበደ ዓላውያን ክሐድያን ሞት ዘሞተ ክርስቶስ ቤዛነ አኮ ውእቱ ፍልጠተ ነፍስ እምሥጋ አላ ፍልጠተ መለኮት እምትስብእት ውእቱ እመሰ ዘከመ ንባቦሙ ኢሞተ በሞተ ዚአነ እፎመ ንትሜካሕ በሞቱ ለመድኃኒነ ቤዛነ እመሰ ተመውዓ ዲያብሎስ በካልእ ሞት ዘኢዚአነ ኢኮነ ጕልቁ ውስተ ህላዌ ዚአነ።	28 ከምቲ ከሓድያን መናፍቓን ክርስቶስ በጃና ዝሞቶ ሞት ናይ መለኮት ካብ ሥጋ ምፍላይ እዩ እምበር ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ ምፍላይ ኣይኮነን ዝብልዎ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ከምኡ ውን ከም ኣዘራርባኦም ናትና ሞት እንተ ዘይሞይቱ ደኣ ቦቲ በጃና ዝኾነ ሞት መድኃኒና ከመይ ኢልና ንምካሕ ኣሎና። ቦቲ ናትና ዘይኮነ ብኻልእ ሞት ዲያብሎስ እንተተሳዒሩ፡ ቃል ምስ ባህሪና ሓደ ኣይኮነን ማለት'ዩ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፭	ዘሳዊሮስ ም. 85
፳፱ ወባሕቱ ክሡት ግብሩ እስመ ለሊሁ ጥዕመ ሞተ ቤዛነ ዘከመ ሞተ ዚአነ ዘውእቱ ፍልጠተ ነፍስ እምሥጋ ወኢኃደገ ነፍሶ ውስተ ሲኦል ወኢኃደገ ሥጋሁ ይርአይ ሙስና በከመ ይቤ ነቢይ ወባሕቱ ሶበ ተፈልጠት ነፍሱ እምሥጋሁ በፈቃዱ ሠርዐ እግዚአብሔር ቃል ዘንተ ወኢተፈልጠ እምፀቱ ክፍል ዘውእቶሙ ነፍስ ወሥጋ አላ ውእቱ ይትዋሓድ ምስሌሆሙ በፈዱ አካል ። መዝ ፲፮(፲፭)፡፲።ግብ ሐዋ ፪፡፳፯-፴፪።	29 እንተኾነ ግና ንሱ በኃና ኮይኑ ከምቲ ናትና ከምዝሞተ ነገሩ ፍሉጥ እዩ። እዚ ኽአ ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ ምፍላይ እዩ። ነቢይ ከምዝበሎ ‹ነፍሱ ኣብ ሲኦል ኣይኃደጋን፡ ሥጋኡ ውን ክፈርስን ክብስብስን ኣይኃደጎን።› እንተኾነ ግና ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ምስ ተፈልየት እግዚኣብሔር ቃል ብፍቓዱ ነዚ ገበረ። ካብ ክልተኣም ክፍልታት ንሳቶም ድማ ነፍስን ሥጋን ኣይተፈልየን። ሓደ ኣካል ብምኻን ምስ ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ደኣ ይነብር እምበር። መዝ 16(15)፡10። ግብ ሐዋ 2፡25-32።
፴ እስመ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘይመልእ ኮሎ ወአኮ ዘይፀዐቅ ውስተ መካን እመካናት አላ በተዋሕዶቱ ምስለ ሥጋ አብጠለ ሙስና ወአሕየወ ሥጋተ እለ ውስተ መቃብር ወአንሥአ ብዙኃነ እምአብድንተ ጻድቃን እለ ሰከቡ ። ማቴ ፳፯፡፶፩-፶፫።	30 ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ኻኾሉ ስለ ዝመልእ፡ ካብ ቦታታት ውን ኣብ ሓደ ቦታ ስለዘይውሰን ምስ ሥጋ ተዋሒዱ ምፍራስን ምብስባስን ኣጥፍኡ። ነቶም ኣብ መቓብር ዘለዉ ሥጋታት ውን ካብ ፈራስካ በስቢስካ ምትራፍ ኣድኃነ እምበር። ካብ ሬሳ እቶም ዝሞቱ ጻድቃን ውን ንብዙኃት ኣተንሥኡ። ማቴ 27፡ 51-53።
፴፩ ወበተዋሕዶቱሂ ምስለ ነፍስ አርኃነ ኖኅተ ገነት ወአብአ ምስሌሁ ለፈያታዊ ዘየማን ውስቴቱ ዝኩ ሶበ ጸውዖ ይቤሎ ዮም ትሄሉ ምስሌየ ውስተ ገነት ወበዝንቱ አምሳል ከመዝ እስመ እግዚአብሔር ቃል ፈዱ ምስለ ነፍስ ወሥጋ አርኃነ ኖኅተ ገነት ለፈያታዊ ወሖረ ውስተ መካነ ሲኦል ወይቤሎሙ ለሙቁሓን ፃኡ ወእለሂ ውስተ ጽልመት ነጽሩ። ሉቃ ፳፫፡ ፴፫-፵፫። ፩ጴጥ ፫፡፲፰-፳።	31 ምስ ነፍሲ ተዋሒዱ፡ ኣፍ ደገ ገነት ከፊቱ፡ ነቲ ብየማን ዝተሰቐለ ሽፍታ ምስኡ ጎዙ ገነት ኣተወ። ንሱ ‹ተዘከረኒ› ምስ በሎ ‹ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ክትህሉ ኢኻ› በሎ። እግዚኣብሔር ቃል ምስ ነፍስን ሥጋን በዚ ኣምሳልዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሥፍራ ሓደ ስለዝኾነ ነቲ ሽፍታ ኣፍ ደገ ገነት ከፈተሉ። ናብ ሲኦል ወሪዱ ውን ነቶም እሱራት ‹ውጹ ኣብ ጸልማት ዘለኹም ውን ርኣዩ› በሎም። ሉቃ 23፡30-43, 1ይ ጴጥ 3፡18-20።
፴፪ ወሶበ ጥዕመ ሞተ በህላዌነ ፈወሶ ፍጹመ ወሜጠ ለዘተፈልጠ ኀበ ፈዱ መካን እንተ ይእቲ ነፍስ ወሥጋ ዘአንሥአ እሙታን ወአብርሀ ላዕሌነ ብርሃነ ጽድቅ በፀዳለ ትንሣኤሁ ቅድስት ።	32 በቲ ናትና ባህርይ ምስ ሞተ ነቲ ዝሞተ ኣተንሥኡ፡ ነቲ ተፈልዩ ዝነበረ ኽአ ናብ ሓድነቱ መለሶ። እዚኣ ነፍሲ እያ፡ ካብ ምዉታን ፈልዩ ዘተንሥኡ ውን ሥጋ እዩ። ብብርሃን ቅድስት ትንሣኤ ውን ሓቀኛ ብርሃን ኣብርሃልና።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፰	ዘሳዊሮስ ም. 85
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፴፫ ወበዝንቱ ኵሉ ኢረከበ ዓለም መድኃኒተ ወሶበ ሠምረ ኀሩት ዓቢይ ዘእግዚአብሔር ከመ ይሚጥ ዓለመ ኀቤሁ ወያእምርዎ ፈነወ ወልዶ ዋሕደ እምሰማይ ውስተ ዓለም እንበለ ሥጋ ወተሠገወ እምታሕቱ በሥጋ ዘይመስል ሥጋ ዚአነ እምደም ወሥጋ ወአሥራው ወአዕፅምት ወውእቱ ፍጹም ወጽኑዕ ሰብእ ወይትዌከፍ ኵሎ ሕማማተ ወሞተ ዘዕቁብ በህላዌ ዚአነ ወበዝንቱ ግብር ድኅነ ዓለም	33 ደጊሙ ውን እዚ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ኣብ ዝተዛረቦ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ እግዚኣብሔር ንነፍስ ወከፎም ንነቢያትን ንሓለቓታት ኣበውን፣ ንኮሎም ከምቲ ዓቕሞም ሰብ ከይኮነ ተገልጸሎም። ንደቂ እስራኤል ውን ሥጋ ቅድሚ ምውሓዱ 40 ዓመት ኣብ በረኻ ዓበይቲ ተኣምራት እናገበረ ተገልጸሎም። በዚ ኮሉ'ዚ ብብዙኅ ዓይነት ናይ እግዚኣብሔር ምግላጽ ዓለም ኣይደኃነን። ኣሕዛብ ውን ብዘይ ፍልጠት እግዚኣብሔር ነበሩ እምበር ናብኡ ኣይተመልሱን። ዘፍጥ 32፡24-26። ዘዐአ 3፡2። ግብ ሓዋ 7፡30።
፴፬ ወፈድፋደሰ ሕዝብ ዘእስተርኣየ ሎሙ ወወሀቦሙ ሕገ ወትእዛዘ ወገብረ ተኣምረ ወመንክረ ውስቴቶሙ ኢጸንዑ ምስሌሁ በኪዳኑ ኣላ ኣምለኩ ፈጣርሃ ወከዋክብተ ሰማይ ወረሰዕዎ ለእግዚኣብሔር ወለኮሉ መንክራቲሁ ዘገብሮ ምስሌሆሙ በባሕረ ኤርትራ ወበገዳም ዓምደ ብርሃን በሌሊት ወጽላሎተ ደመና በመዓልት ወንቅዐተ ማይ እምነ ኰኵሕ ጽኑዕ በዘኢህላዌሁ ወርደተ መና እምሰማይ ወተረፈ መንክራት ዘገብሮ ምስሌሆሙ። ዘዐአ ፲፫፡፳፩። ፲፬፡፳፪። ፲፮፡፲፭። ፲፯፡፮። ዘጎል ፳፭፡፫። ግብ ሐዋ ፯፡፵፪። ኣሞፅ ፭፡፳፮። ፩ቆሮ ፲፡፩-፭።	34 ዝያዳ እኳ እቶም ዝተራእዮምን፣ ሕጉን ትእዛዙን ዝሃቦምን፣ ዓበይቲ ተኣምራት ዝገበረሎምን ሕዝቢ፥ ምስኡ ኸኽብሩ ብኪዳኑ ኣይጸንዑን። እኳ ደኣ ፈጣር ዝበሃል ጣያትን ከዋኽብቲ ሰማይን ኣምለኹ። ከምኡ ውን ነቲ ኮሉ እግዚኣብሔር ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ዝገበረሎም ተኣምራት፣ ኣብ በረኻ ለይቲ ብዓምደ እሳትን መዓልቲ ብዓምደ ደመናን ዝመርሖም፣ ካብቲ ብተፈጥሮኡ ዘይልወጥ ተሪር ከውሒ ማይ ዘፈልፈለሎም፣ መና ካብ ሰማይ ዘውረደሎምን ካልእ ዝተረፈ ምስኡም ዝገበሮ ተኣምራትን ረስዕዎ። ዘፀ 13፡21, 14፡22, 16፡15, 17፡6, ዘጎል 25፡3, ግብ ሓዋ 7፡42, ኣሞፅ 5፡26, 1ይ ቆሮ 10፡1-5።
፴፭ በዚ ኮሉ ዓለም ድኃነት ኣይረኸበትን። ፍጹም ለዋህ እግዚኣብሔር ንዓለም ናብኡ ኽመልስን ንኽፈልጥዎን ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፥ ነቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወዱ ካብ ሰማይ ብዘይ ሥጋ ናብዚ ዓለም'ዚ ለኣኸ። ብነፍሲ ብሥጋ ብኣዕፅ ምቲ ብጅማት ናትና ሥጋ ዝመስል ሥጋ ካብ ድንግል ወሰደ። እዚ ዘይልወጥ ፍጹም ሰብ እዩ። ኣብ ናትና ባህርይ ጸኒዑ ዝነበረ ኮሉ ሕማምን ሞትን ዝቕበል እዩ፤ ሰብ ኮይኑ መከራ ብምቕባሉ ዓለም ደኃነ። ወልድ ሰብ ብምኻኑ፣ ዓለም	

ዘሳዊሮስ ም. ፹፰	ዘሳዊሮስ ም. 85
ወበእንቲአሁ አእመሮ ዓለም ለእግዚአብሔር ወአብጠሎ ለዲያብሎስ ወለመልእክቱ ርኵስት። ዮሐ ፫፡፲፮። ማቴ ፲፩፡፳፰። ዕብ ፪፡፲።	ንአብ ፈለጠ። ንዲያብሎስ ምስቲ ርኩስ ግብሩ ውን ሰዓሮ።። ዮሐ 3፡16። ማቴ 11፡28። ዕብ 2፡10።
፴፮ ርኢክኑ አ ንጉሥ እስፍንተ ሠናያተ ረከብነ እምኀቤሁ ንሕነ እለ ርኁቃን እምኔሁ በሕማማተ ወልዱ ቤዛነ በጠለ ሞት ወጐየ ዲያብሎስ ውተሀውክ ሲኦል ውተፀርዐ ፍትሐ ዕዳ ወተሠረወ ስሕተተ ሰይጣን ወኮነ ኀቡአ ወተርኅወ ገነት ወተከሥተ ዕፀ ሕይወት።	36 አ ንጉሥ! እቶም ካብኡ ርኂቐና ዝነበርና ንሕና፡ ቡቲ በጃና ዝኾነ ሕማም ወዱ ካብኡ ክንደይ ዝኣክል ክብሪ ከምዝ ረኸብና ፈሊጥካዶ፡ ሞት ጠፍኡ፡ ዲያብሎስ ተሳዕረ፡ ሲኦል ተሃወኸት፡ ብኃጢኣት ዝተፈርደ ፍርዲ ተደምሰሰ፡ ሰይጣን ዘምጽኦ ስሕተት ጠፍኡን ከም ዘይነበረ ኮነን፡ ገነት ተኸፍተ፡ ዕፀ ሕይወት (ትንሣኤ) ውን ተገልጸ።
፴፯ ወኮነ ሰማይ ዓለመ ወዓለምኒ ሰማየ ወኮነ እግዚአብሔር ሰብአ በታሕቱ ወረሰዮ ለሰብእ ውስተ አርያም በላዕሉ ወስብሐትኒ ዘውስተ ሰማይ ኮነ ዲበ ምድር ወዘሀሎ በሕፅነ አቡሁ ኮነ በሕፅነ ማርያም ወለዘወለዶ እግዚአ ብሔር አብ በምሥጢር ዘኢይትረከብ እንበለ መንፀፈ አንስት ወለደቶ ማርያም በሥጋ በምሥጢር ዘኢይትረከብ እንበለ ሩካቤ ተባዕት።	37 ሰማይ ዓለም ኮነ፡ ዓለም ውን ሰማይ ኮነ። ኣብዚ ዓለም'ዚ እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ተረኽበ፡ ንሰብ ውን ኣብ ላዕሊ ኣርያም ገበሮ። ኣብ ሰማይ ዝቕርብ ምስጋና ኣብዚ ዓለም ተገብረ። ማዕረ አብ ዘሎ ንሱ ኣብ ሕቑፉ ድንግል ማርያም ተራእየ። ነቲ እግዚኣብሔር አብ ብዘይምርመር ምሥጢር ብዘይ ኣደ ዝወለዶ፡ ንእኡ ድንግል ማርያም ብዘይ ምርመር ምሥጢር ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ብሥጋ ወለደቶ።
፴፰ ወገረረ ለሕገ ሕማም በህላዌ እንተ አልባቲ ተቃርኖ ወአግዐዘነ እምቅንየቱ ርኩስ ለዲያብሎስ እንተ ፄወወ ባቲ ኪያነ አፍአ እምነ መዐርገ ህላዌነ ወኮነ ቃል ሥጋ እመሰ ቃል ሥጋ ኮነ በከመ ይቤ ዮሐንስ ወንጌላዊ ናሁ ዘበጽድቅ ሐመ ቦቱ ዘከመ ተጽሕፈ በወንጌል ዘኢይትከሐድ ዝንቱ ዘረሰዮ እግዚአብሔር ለነ ለቤተ ክርስቲያን ከመ ኮኵሐ ዘኢያንቀለቅል።	38 ክርክር ብዘይብሉ ባህርይ፡ ካብቲ ንሕማም ዝተገዝአት ባህርይና ዝነበረት ክብሪ ፍልይቲ፡ ንኣና ዲያብሎስ ካብ ዝማረኸላ ርኩስ ባርነት ናፃ ገበረና። ቃል ሥጋ ኮነ። ከምቲ ወንጌላዊ ዮሓንስ ዝበሎ ቃል ሥጋ ካብ ኮነ፡ እንሆ ብሓቂ ሰብ ዝኾነ ቃል፡ ኣብ ወንጌል ከምዝተጻሕፈ ብዘይክሓድ ብሥጋ ሓመመ። እዚ ወንጌል፡ እግዚኣብሔር ንኣና ንምእመናን (ቤተ ክርስቲያን) ዘይናወጽ መሠረት ዝገበሮ እዩ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፴፱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በዘጸሐፎ ኀበ ንጉሥ አነ እትአመን ዘልፈ ወኢይክሕድ ግሙራ ዘጸሐፍክዎ ወኢይክል መኑሂ ያሥምሮ ለልብየ ከመ እክሐድ ሃይማኖትየ	39 ደጊሙ ውን እዚ ኣቦ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ናብ ንጉሥ ኣብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ከምዚ በለ፡ ኣነስ ኮሉ ጊዜ ይኣምን እየ። ንዝጸሓፍክዎ ውን ፍጹም ኣይክሕድን እየ። ሃይማኖተይ ንክኽሕድ ማንም ንልበይ ክልውጦ ኣይክእልን እዩ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፰	ዘሳዊሮስ ም. 85
እመኒ አፍርሁኒ በስደት ውስተ መካናት ርኁቃት ወእመኒ ወደዩኒ ውስተ እሳት ወእመኒ ገደፉኒ ለአናብስት ወእመኒ አስጠመኒ ውስተ ባሕር ወእመኒ መተሩ አባላትየ እመለያልይየ ወእመኒ ኰነኑኒ በዘዘዚአሁ ኮነኔ አንሰ ኢይክሕድ ሃይማኖትየ አላ ጽኑዐ ልብ አነ በቃለ እግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይቤ ኢትፍርህዎሙ ለእለ ይቀትሉ ሥጋክሙ ወለነፍስክሙሂ ኢይክሉ ቀቲሎታ መኑሂ ወካዕበ ይደሉ ከመ ናድሉ ለእግዚአብሔር እምነ አድልዎ ለሰብእ። ሮሜ ፰፡፴፭-፴፱። ማቴ ፲፡፳፰-፴። ግብ ሐዋ ፭፡፳፱።	ናብ ርሑቕ ቦታ ንስደት እንተ ኣፈራርሑኒ፡ ናብ ሓዊ እንተ ኣእተውኒ፡ ንኣናብስ እንተ ሃቡኒ፡ ናብ ዓሚቕ ባሕሪ እንተ ኣጥሓሉኒ፡ ኣካላተይ እንተ ተቈራረጹኒ፡ ከምኡ ውን ብዝተፈላለየ ነገር መከራ እንተ ኣምጽኡለይ ሃይማኖተይ ኣይክሕድን እየ። እኳ ደኣ በቲ ፡ነቶም ኣብ ሥጋኹም መከራ ዘምጽኡልኩም ኣይትፍርህዎምን፤ ንነፍሽኹም ውን ምቕታላ ኣይክኣሎምን እዩ' ዝብል ቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንልበይ ከጽንዕ እየ። ከምኡ ውን ንሰብ ካብ ምሕጓስ ብዝያዳ ንእግዚኣብሔር ምሕጓስ ይግባእ። ሮሜ 8፡35-39, ማቴ 10፡28-30, ግብ ሓዋ 5፡29።
፵ ወከመዝ መሀሩነ አበዊነ እስመ አማኑኤል ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በህላዌ መለኮቱ ወሐመ በሥጋ ወዘውእቱ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በህላዌ ዚአሁ ኮነ ምስለ ሥጋ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር።	40 ኣማኑኤል ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም ዘይመውት ከምዝኾነ፡ ብሥጋ ግና ከም ዝሓመመን ከምዝሞተን ኣቦታትና ከምዚ ኢሎም መሃሩና። ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምምን ዘይመውትን ንሱ ብዘይ ምርመር ተዋሕዶ ምስ ሥጋ ሓደ ኾነ።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፵፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘጸሐፎ ጎበ ንጉሥ ወመዊትኒ ኮነ ለዉቱ በዝንቱ አምሳል እስመ ሶበ ተወክፎ ለሥጋ በፅዱ ህላዌ ዓዲ ተወክፎ ቃል በፈቃዱ ለሞት እስመ ኮነ ፩ደ ጎቡረ ምስለ ሥጋ ዘይመውት ዘኢይመውት ሞተ በሥጋ በእንቲኣነ ወተንሥአ እሙታን ወሥርዓተ ልደቱ እምድንግል ቅድስት ወሞቱ ወትንሣኤሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ በእንተ መድኃኒትነ ወሚጠትነ ጎቤሁ።	41 ደጊሙ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ናብ ንጉሥ ኣብ ዝጸሓፎ ከምዚ በለ፥ በዚ ኣምሳልዚ ሞት ኮነሉ። ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሥጋ ምስ ተዋሓደ፥ ቃል ብፍቓዱ ሞት ተቐበለ። ሞት ምስ ዝሰማምዖ ሥጋ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ስለዝኾነ፡ እቲ ዘይመውት ምእንታና ብሥጋ ሞተ። ካብ ምዉታን ተፈልዩ ተንሥአ። እዚ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ንጽሕት ድንግል ናይ ምውላዱ፡ ናይ ሞቱን ትንሣኤኡን ሥርዓት ንኣና ንምድኃን፡ ንኣና ናብኡ ንምምላስ ተገብረ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘሳዊሮስ ም. ፹፮	ዘሳዊሮስ ም. 86
ምዕራፍ ፹፮ ክፍል ፮	**ምዕራፍ 86 ክፍሊ 6**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ አብ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በፍናዌ መልእክቱ ኀበ ቅዱስ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ንሕነሰ ኢናመጽእ ሃይማኖተ ሐዲሰ አላ ንትጌሠፅ በኵሉ ግብር በከመ ንቤ ለዐቂበ ሃይማኖት ክብርት ዘመጠውዋ ለነ አበዊነ ንጹሐን።	1 ዳግማይ ውን እዚ ናይ አንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ዮሓንስ አብ ዝጸሓፎ መልእክቱ ከምዚ በለ፥ ንሕናስ ነታ እቶም ንጹሓን አቦታትና ዝመሃሩና ዘይትልወጥ ሃይማኖት ንእላ ንከነጽንዕ ብኵሉ ሥራሕ መከራ ንቕበል እምበር ሓድሽ ጋሻ ሃይማኖት አይነምጽእን ኢና።
፪ ወንገድፍ ዘተአመንዎ ካልአን በኬል ቄዶን ወነአምን በ፩ዱ አምላክ አብ አኃዜ ኵሉ ወከማሁ ነአምን በ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል።	2 ነቲ አብ ኬልቄዶን ካልኦት ዝኣምንዎ ሃይማኖት ኣርጊቕና፥ ቡቲ ንኵሉ ፈጢሩ ዝገዝእ ሓደ አምላኽ ብእግዚአብሔር **አብ** ንኣምን። ከምኡ ውን ቡቲ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ካብ **አብ** ዝተወልደ ብሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን።
፫ ወበደኃሪ መዋዕል ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ወላዲተ አምላክ ቅድስት ድንግል በኵሉ ጊዜ ወኮነ ብእሴ ወተሰቅለ በእንቲአነ።	3 ብዳጎራይ ዘመን ውን ካብ ወላዲተ አምላኽ ብኵሉ ጊዜ ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ካብ ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ነፍስን ሥጋን ብዝወሰደ፥ ፍጹም ሰብ ብዝኾነ፥ ምእን ታና ብዝተሰቐለ ብሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን።
፬ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ህላዌ በዕሪና ምስለ አብ ወወልድ።	4 ከምኡ ውን ቡቲ ምስ **አብን** ወልድን ብባህ ርይ ሓድነት ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ነአምን።
፭ ወካዕበ ንትአመን በወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እምቅድመ ይሠጎ ወዓዲ እምድኅረ ተሠገወ ዝንቱ ዘኢይትዌለጥ ወዘኢይትመየጥ ወኢያ ምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ ወኢእምካልእ ግብር ከመ ጽላሎት አው ምትሐት አላ ኮነ ሥጋ ዘውእቱ ተሠግዎ ወኮነ ሰብአ እንበለ ውላጤ ።	5 ሰብ ቅድሚ ምኻኑን ሰብ ድኅሪ ምኻኑን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ ንኣምን። እዚ ዘይናወጽ ዘይልወጥ እዩ። ንሱ ሥጋ ካብ ሰማይ ኣየምጽአን። ከም ጽላሎት ወይ ከም ምትሐት ውን ካብ ካልእ ግብሪ ኣየምጽአን። እኳ ደኣ ሥጋ ኮነ እምበር። እዚ ድማ ነፍስን ሥጋን ወሲድካ ሰብ ምኻን እዩ። ከይተለወጠ ውን ሰብ ኮነ።
፮ ወለሊሁ አምላክ ቃል ዘአልቦቱ ሥጋ ተወክፈ ሥጋ እምህላዌነ ፩ዱ ወነሥአ እማርያም ወላዲተ አምላክ ቅድስት ድንግል በኵሉ መዋዕል ወቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ በማኅፀነ ዚአሃ ዘቦ ፩ዱ አካል ዝንቱ ዘሰበከ ቦቱ ለድንግል ገብርኤል መልአክ ዘተአምነ ዲበ ምሥጢር ዓቢይ እንዘ ይብል ሰላም ለኪ እግዚአብሔር ምስሌኪ። ሉቃ ፩፡፳፰።	6 እቲ ሥጋ ዘይብሉ ኣምላኽ ቃል ንሱ ካብቲ ሓደ ባህርይና ሥጋ ገንዘብ ገበረ። ካብታ ብኵሉ ዘመን ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሰደ። እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ኣላቶ። ሓደ ኣካል ዘለዎ ንሱ ኣብ ማኅፀና ምስኡ ሓደ ገበሮ። ንዓ ቢይ ምሥጢር እሙን ዝኾነ መልኣኽ ገብርኤል፥ 'እግዚኣብሔር ምስ ባህርኺ ሓደ ስለዝኾነ ክብሪ ይግብኣኪ እዩ' ኢሉ ንሱ ዝነገራ እዩ። ሉቃ 1፡28።
፯ ነሥአ ሥጋ ወደመ ዘከማነ ወኮነ ሰብአ ዘከመ አርአያ ዚአነ ዘእንበለ ኃጢኣት	7 ከማና ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብዘይካ ኃጢኣት ከማና ሰብ ኮነ። ነቲ ሥጋ ብተዋሕዶ ምስኡ

ዘሳዊሮስ ም. ፹፮	ዘሳዊሮስ ም.86
ወተዐገሠ ይትወለድ በሥጋ ከመ ይረስዮ ለሥጋ ፩ደ ምስሌሁ ተፀንሰ ወተወልደ በሥጋ ያሰስል ትካዘ ዘልደተ ደቂቅ ወያግዕዝ ትዝምደ እንለ እመሕያው እምዘቀዳሚ መርገም ።	ሓደ ኻክገብሮ ብሥጋ ክውለድ ፈተወ። ነቲ ሕፃናት ምስ ተወልዱ ዝበጽሖም ዝነበረ ባርነት ኻክርሕኾ፡ ንባህርየ ሰብ ውን ካብቲ ዝቐደመ ፍዳ ንከድኅን ብሥጋ ተፀንሰን ተወልደን።
፹ ወበእንተዝ ንብል እስመ ድንግል ቅድስት ወላዲተ አምላክ ዘበአማን እስመ እግዚአብሔር ቃል ተሠገወ እምኔሃ ወይእቲኒ ፀንሰቶ ወወለደቶ እንዘ ፩ዱ እም፪ቱ መለኮት ወትስብእት ወዘከመ ንባበ ጽድቅ ንትአመን በአማኑኤል ከመ ለሊሁ ዋሕድ ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ።	8 ስለዚ ድማ ንጽሕት ድንግል ብሓቂ ወላዲት ኣምላኽ ከም ዝኾነት ንዛረብ ኣሎና። እግዚኣብሔር ቃል ካብኣ ሥጋ ስለዝተዋሓደ፡ ካብ መለኮትን ትስብእትን ካብ ክልቲኡ ሓደ ኮይኑ ንሳ ፀነሰቶን ወለደቶን። ከም ሓቀኛ ነገር ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ጕይታ ሓደ ክርስቶስ ከምዝኾነ ብኣማኑኤል ንኣምን።
ክፍል ፹	**ክፍሊ 8**
፹፩ ወቦቱ ካዕበ ይቤ ዝንቱ አብ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ፩ዱ ውእቱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ አምላክ ቃል ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ በእንቲኣነ ለሊሁ ፩ዱ ዘእምሥሉስ ቅዱስ በህላዌ ቅድስት ተሰቅለ ቤዛነ በሥጋ ወሞተ በእንቲኣነ በሥጋ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን ወዐርገ ውስተ ሰማያት ወካዕበ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋን ወሙታነ።	9 ከምኡ ውን ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ እዚ ኣቦ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ከምዚ በለ÷ ምእንታና ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ቃል ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ። ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ንሱ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሰብ ኮይኑ በኃና ተሰቐለ። ምእንታና ውን ብሥጋ ሞተን ተቐብረን ካብ ምዉታን ተፈልዩ ውን ተንሥአ። ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ ጻድቃንን ኃጥኣንን ክፈርድ ድማ ዳግማይ ክመጽእ እዩ።
፹፪ ዝውእቱ አእምሮ ዘያድኅን ወተወከፍናሁ ቅድመ እምአበዊነ ንጹሓን ውእቱ ዘገብረ ተአምራተ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ወተወክፈ ሕማማተ እንለ እመሕያው ዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ለሊሁ ዘነበበ ቃላተ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ወለሊሁ ዓዲ ተናገረ በትሕትና ዘከመ ሥርዓተ ትስብእት ዘነሥአ። ዮሐ ፩፡፴-፴፱። ፩፩፡፴፩-፵፭።	10 እቲ ዘድኅን ካብ ንጹሓን ኣቦታትና ቅድም ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ እዚ እዩ። ንእግዚኣብሔር ዝግባእ ተኣምራት ዝገበረ ንሱ እዩ። ንሰብ ዝግባእ ሕማም ዝተቐበለ ውን ንሱ እዩ። ከምኡ ውን ንእግዚኣብሔር ዝግባእ ቃላት ዝተዛረበን ከም ሥርዓት እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ብትሕትና ዝተዛረበን ንሱ ሓደ በይኑ እዩ። ዮሓ 10፡30-39። 11፡34-45።
፹፫ ወበእንተዝ ኢንከፍል ግብራቲሁ ኀበ ፪ቱ ገጻት አው ኀበ ፪ቱ ህላዌያት አው ኀበ ፪ቱ አርአያ ከመ ዘይከፍሎ ለ፩ዱ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እመሰ ኢኮነ ሰብአ እምኢተናገረ	11 ስለዚ ድማ ናይ ኣምላኽነትን ናይ ሰብነትን ስለዝተዛረበ፡ ከምቲ ንስጥሮስ ንሓደ ክርስቶስ ናብ ክልተ ባህርይ ዝኸፈሎ ክልተ ገጻት ብምባል ነቲ ሥራሑ ኣይኽኸ ፍሎን ኢና። ሰብ እንተ ዘይኮውን ነይሩ ኸኣ እሞ እቲ ዝተዋሓዶ ሰብነት ከማና

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯ ፥ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 86 ፥ ም. 87
ዘከማነ ዘትስብእት እንተ ተወክፋ ወእምኢሐመ በሕማመ ሥጋ።	ኣይምተዛረበን ነይሩ፣ ሕማም ሥጋ ውን ኣይምሓመመን ነይሩ።
፲፪ ወእመሰ አትሐተ ርእሶ ወነሥአ አርአያ ገብር ወርኢነ ትሕትናሁ እምነገሩ ትሑት ወአእመርነ ዕበየ ልዕልናሁ ወግብራቲሁ በትሕትና ዘገብሮ በእንቲአነ በፈቃዱ ወይእዜሰ ዝውእቱ ሥርዓተ መልእክተ እግዚአብሔር ዘአንትሙ ቅውማን ባቲ ወጽኡዓን ዲቤሃ ወትሜርዱ በፍኖተ መንግሥት። ዮሐ ፲፬፡፮። ፪ቆሮ ፮፡፫።	12 ርእሱ ኣትሓቲ፡ ናይቲ ግዙእ ኣዳም ባህርይ ናቲ፡ ካብ ገበረ፣ ካብቲ ትሕትናኡ ዝገልጽ ዘረባኡ ንትሕትናኡ ካብ ፈለጥና፣ ምእንታና ብፍቓዱ ዝገበሮ ትሕትና ንሥራሕን ዕብየት ጐይትነቱን ካብ ፈለጥና፣ እምበኣር ንሸኻትኩም ጸኒዕኩም ዘሎኹማን ንመጻኢ ጸኒዕኩም እትነብ ሩላን መንግሥተ ሰማያት ዘእቲ መገዲ እትኽተሉላ ናይ እግዚኣብሔር መልእኽቲ ሥርዓታ እዚ እዩ። ዮሓ 14፡6። 2ይ ቆሮ 6፡3።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፹፯ ክፍል ፱	**ምዕራፍ 87 ክፍሊ 9**
፩ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በጠማር መልእክቱ ኀበ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ አውሥኦተ በእንተ ጠማረ መልእክት እንተ ጸሐፋ ሎቱ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ንዝጸሓፈሉ መልእኽቲ፡ እዚ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ መልሲ ጌሩ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ደጊሙ ከምዚ በለ።
፪ በትሩሰ ለአሮን አሕመልመለት ወፀገየት ወፈረየት ከርካዐ ወአማኑኤል አኃዘ ወተመሰለ ለነ በዝንቱ ፍካሬ እስመ በትር ትሰብክ መንግሥቶ ከመ ለሊሁ አማኑኤል ተወልደ እምሥርው ዘአልቦቱ መዋዕል ወኢጥንት ዘውእቱ ልደቱ እምእግዚአብሔርአብ ዘሀሎ እምቀዲሙ ምስሌሁ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ ።	2 በትሪ ኣሮን ጠጢዓ፡ ዓምበበትን ፈረየትን። ኣማኑኤል ድማ በዚ ምሳሌ'ዚ ኣቐዲሙ ተመሰለልና። ምኽንያቱ ንሱ ኣማኑኤል ጥንቲ ካብ ዘይብሉ **ኣብ** ከምዝተወልደ በትረ መንግሥቱ ትሰብኽ እያ። እዚ ኸኣ ካብቲ ምስኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ኣቐዲሙ ዝነበረ እግዚኣብሔር **ኣብ** ዝተወልዶ ልደት እዩ።
፫ ወቦቱ ሥልጣን ላዕለ ሰማያውያን ወምድራውያን ወኮነ ሥጋ በእንቲአነ ወተሰብአ እንበለ ሚጠት ወአስተርአየ እምሥርወ ዕሤይ ወዳዊት በሥጋ እስመ እምኔሆሙ ተወልደት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ንጽሕት ወኮነ ሐዋርያ ወሊቀ ካህናት እምነትነ። ዕብ ፫፡፩።	3 ንሰማያውያንን ምድራውያንን ፈጢርካ ምግዛእ ገንዘቡ እዩ። ምእንታና ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ብዘይምልዋጥ ሰብ ኮነ። ወላዲተ ኣምላኽ ንጽሕት ድንግል ማርያም ካብኣም ተወሊዳ እያ እሞ ካብ ባህርየ ዕሤይን ዳዊትን ተወሊዱ ብሥጋ ተገልጸ። ሓዋርያን እንኣምኖ ሊቀ ካህናትን ተባህለ። ዕብ 3፡1።
፬ ወበዝንቱ ክፍል ክሡተ ኮነ በትረ ክህነት ከመ ይገሥጾነ ንንቃሕ ለትምህርት ወንጌላዊ ወአውዕአ እምኔሁ ለእለ የአምኑ ቦቱ ከርካዐ ዘውእቱ ጽጌያተ ወፍሬያተ ትሩፋት።	4 በዚ ክፍሊ እዚ ውን ትምህርተ ወንጌል ንምምሃር ክንነቅሕ ምእንቲ ክግሥፀና ብግልጺ በትረ ክህነት ኮነ። ነቶም ዝኣምንዎ ውን ፍረ ሃበ። እዚ ኸኣ ብትሩፋት ዝሥራሕ ሥራሕ እዩ።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
፭ ወእለኒ ሐተቱ በእንተዝ ግብር ይብሉ ከመ ህላዌሁ ለበትረ ከርካዕ ቡቱ ዕቅበት ለእለ ይእኀዝዎ ወበእንተዝ ይቤ እግዚአብሔር በኤርምያስ ነቢይ ለነቢያተ ሐሰት ትእምርተ ምንት ዝንቱ ዘትሬኢ ኤርምያስ ወይቤ ውእቱ በትር እምዕፅ ከርካዕ ወይቤሎ እግዚእ ሠናየ ርኢከ እስመ አነ አዐቅብ ቃላትየ ከመ እግበሮሙ ። ኤር ፩፡፲፩-፲፫።	5 ናይ'ዚ ነገር'ዚ ዝመርመሩ ሰባት፣ ባህሪኡ ንበትረ ለውዚ ነቶም ዝጎዝዎ ሰባት ምሕላው ከምዝኾነ ይዛረቡ። በዚ ድማ እግዚኣብሔር ንነቢያት ሓሰት ምልክት ገሩ ንነቢይ ኤርምያስ፥ 'ኤርምያስ እዚ ትርእዮ ዘሎካ እንታይ እዩ፡' በሎ። ንሱ ድማ 'ካብ ኦም ለውዚ ዝተቈርጸ በትሪ እዩ' በለ። ጐይታ ድማ 'ጽቡቕ ርኢካ፣ ከመይ ኣነ ኻክገብሮም ቃላተይ ክሕሉ እየ' በሎ። ኤር 1-11-13።
፮ ወበከመ እለ ያፈቅሩ ይርብሑ ትሩፋተ ይረክቦሙ ቅድመ ፃማ ወድካም ወድኅረ ይዴለው በብርሃን ወበኃሤት ከማሁ ለከርካዕሂ እስመ ቅርፍቱ ዘአፍአ መሪር ወውዑይ ወዘውሥጡ ፀዓዳ ወመዓርዒር ጣዕሙ።	6 እቶም ትሩፋት ንክገብሩ ዝፈትዉ ሰባት ቅድም ብዙኅ መከራ ከምዝረክቦም፣ ደኃር ግና ጸጋን ክብርን ረኺቦም ከምዝሕጐሱ፣ ከምኡ ድማ ናይ ለውዝ ደጋዊ ቅራፍ መሪር ክኸውን ከሎ ውሽጡ ግና ጽቡቕ፣ ጣዕሙ ውን ጥዑም እዩ።
፯ ወናሁ ረከብኩ ኦ አኃው ፍቁር ዘንተ በትረ ጽሩበ ወቅሩጸ በመጻሕፍቲከ ወወህበከ ኪያሁ እሙነ በአምጣነ ክህነት ወአልቦ ዘይረክብ ክብረ ዘእንበለ ዳእሙ ዘተውህቦ እምእግዚአብሔር በከመ ጸሐፈ ጳውሎስ ለሰብአ ዕብራውያን። ዕብ ፭፡፬።	7 ኦ ፍቁር ኃው! እንሆ እዚ በትር'ዚ ኣብ መጽሓፍካ ብንባብን ትርጓሜን ተቐሪጹ ረኸብክዎ። ብተገልግሎ ብሓቂ እዚ ምሥጢር'ዚ ገለጸልካ። ከምቲ ጳውሎስ ንሰብ ዕብራውያን ዝጸሓፎ፥ 'ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህቦ እንተዘይኮይኑ ኽብሪ ዝረክብ የልቦን።' ዕብ 5፡4።
፰ አኮኑ ውእቱ ዝንቱ ዘሰበከ ኢሳይያስ ነቢይ ወይቤ ትወፅእ በትር እምሥርወ ዕሤይ ወየዐርግ ጽጌ እምጕንዱ ወየዐርፍ ላዕሌሁ መንፈሰ እግዚአብሔር መንፈሰ ጥበብ መንፈሰ ምክር ወኃይል መንፈሰ ረድኤት ወህልዎ ወይመልእ መንፈሰ ፈሪሃ እግዚአብሔር። ኢሳ ፲፩፡፩-፫።	8 ነቢይ ኢሳይያስ ዝሰበኾ እዚዶ ኣይኮነን! በትሪ ካብ ሥር ዕሤይ ክትወጽእ እያ፣ ዕምባባ ውን ካብ ጕንዱ ክወጽእ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ መንፈስ እግዚኣብሔር ክዓርፍ እዩ። መንፈስ ጥበብ፣ መንፈስ ምኽርን ኃይልን፣ መንፈስ ዝረድእን ዘይፍለን፣ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ዝርከበሉ መንፈስ ክምልእ እዩ። ኢሳ 11-1-3።
፱ ወለቃለ እግዚአብሔርሰ ቡቱ አካል ጽኑዕ ወውእቱ እምህላዌ አብ ወለሊሁ ጥበብ ኀቡእ ወወልድ ዋሕድ ዘቡቱ ኮሉ ኮነ ወለሊሁ ፍጹም ፍጹመ ስብሐት ወኃይል ዘከመ ይደሉ ለዕበየ መለኮት ወኢየሐፅፅ በምንትኒ እምነ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወዝንቱ አውረደ ርእሶ ወኢተወለጠ እምፍጻሜ መለኮት ወባሕቱ ይሄሉ በዘሀሎ ቡቱ እንዘ ኢይትፋለስ እምኔሁ።	9 ንእግዚኣብሔር ቃል ግና ዘይልወጥ ኣካል ኣለዎ። ንሱ ካብ ኣካል ኣብ ካብ ባህርይ ኣብ ዝተረኽበ እዩ። ኵሉ ዝተፈጥረሉ ሓደ ወልድ ረቂቕ ጥበብ ንሱ እዩ። ፍጹም ንሱ ንባህርየ መለኮት ከምዝግባእ ብጐይትነት ተኸብሪ ፍጹም እዩ። ካብ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ብፍጹም ኣይንእስን ንሱ ሰብ ኮነ። ባህሪኡ ከይተፈለዮ ቡቲ ዝነበሮ ባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር እምበር፣ ካብ ፍጹም ኣምላኽነቱ ኣይተለወጠን።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
፲ ወነሥአ በአምጣነ ንባብ ዘበሥርዓት ኵሎ ግብረ ኃሣር ዘትስብእት ወተሳተፈነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ለቢሰ ኃጢአት ወኮነ ሰብአ ዘበአማን ወአስተርአየ ለነ በትረ እምሥርወ ዕሤይ እስመ ዝንቱ በትር ይሜህረነ ልደተ ዘኮነ እምድንግል ንጽሕት ማርያም ወላዲተ አምላክ ጽድቅ ዘትሄሉ ዘልፈ ድንግለ በኵሉ መዋዕል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወዘእንበለ ሩካቤ ወኢትድምርተ ተዋስቦ እስመ በትር ኢይወፅእ ዘእንበለ ዳእሙ በህላዌ እምነ ሥርው።	10 ከምቲ ‹ክወርድ እዩ ክውለድ እዩ› ተባሂሉ ዝተነግረ፡ ኸኮሉ ሥራሕ ሰብነት ገንዘብ ገበረ። ብዘይካ በይና ኃጢኣት ብኮሉ ሥራሑ መሰለና። ብሓቂ ሰብ ኮነ። ካብ ሙር ዕሤይ ዝተረኸበ በትሪ ኮይኑ ተገልጸልና። እዚ በትር'ዚ ነቲ ካብታ ብኮሉ ዘመን ኮሉ ጊዜ ድንግል ኮይና እትነብርን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝወለደትን ንጽሕት ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ብዘይ ሩካቤ ብዘይ ሕብረተ መውስቦ ንዝተወልዶ ልደት፡ የረድኣና። ምኽንያቱ በትሪ ካብ ሙር ከይተረኽበ ኣይወጽእን እዩ።
፲፩ ወይእዜ ቀዳማዊ እግዚአብሔር ቃል ኃይሉ ለአብ ለሊሁ ጸለላ ለድንግል በከመ መሀረነ ወንጌል ንጹሕ ወበርደተ መንፈስ ቅዱስ ዘኢይትረከብ ውኅድረቱ ላዕሌሃ ረሰዮ ለሥጋ ነባቢ ዘቦቱ ነፍስ ይትዋሓድ በ፩ዱ አካል ወዝተዋሕዶ ዘዘከርኩ ውእቱ ተዋሕዶተ መለኮት ምስለ ትስብእት።	11 ሕጂ ውን ናይ አብ ኃይሉ ቀዳማዊ እግዚአብሔር ቃል ንሱ ንድንግል ሓለዋ ከምቲ ሓሶት ዘይብሉ ወንጌል ዝመሃረና፡ እቲ ዘይምርመር መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብኣ ብምኅዳሩ፡ ምስቲ ነፍሲ ዘላቶ ዝዛረብ ሥጋ ሓደ ኣካል ኮይኑ ምስኡ ከምዝዋሓድ ገበሮ። እዚ ‹ተዋሕዶ› ዝበልክዎ፡- መለኮት ምስ ትስብእት ዝተዋሓዶ ተዋሕዶ እዩ።
፲፪ ወዘከመሰ እፎ ኮነ ዝንቱ ተዋሕዶ ኢይክል መኑሂ እምእጓለ እመሕያው ይርከቦ በሕሊናሁ ወኢይደሉ ይትበሃል ከመ ሥጋ ሀለወ ቅድመ እምቅድመ ተዋሕዶ እስመ ነአምር ከመ አማኑኤል ኮነ አሐደ እም፪ቱ መለኮት ወትስብእት ወለለ፩ዱ ፩ዱ እምነ ፪ቱ ፍጹም ዘከመ ህላዌሁ ወዝስም ዘውእቱ አማኑኤል ዓቢይ ውእቱ ጥቀ ወኢይደሉ ፈሊጦቶ።	12 እንተኾነ ግና እዚ ተዋሕዶ'ዚ ከመይ ከምዝኾነ ሓደ እኳ ካብ ደቂ ሰባት ብሕሊናኡ ክበጽሖ ኣይክእልን እዩ። ቅድሚ ተዋሕዶ ሥጋ ብቅድምና ነበረ ክበሃል ኣይግባእን። አማኑኤል ካብ መለኮትን ትሰብእትን ካብ ክልቲኦም ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጥ። ካብ ክልቲኦም ነፍስ ወከፍ ከምቲ ባህሪኡ ፍጹም እዩ። እዚ ስም'ዚ ማለት ‹አማኑኤል› ኣዝዩ ረቂቕ እዩ፡ ክኽፈል ውን ኣይከኣልን'ዩ።
፲፫ ወውእቱኒ ዘበአማን ምሥጢር ለጽንዐ ሃይማኖት ወለሊሁ ይሜህረነ እስመ እግዚአብሔር ቃል ህልው እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወቦቱ ኵሉ ዘሥጋ እንበለ ፍልጠት ወለሊሁ ዘተፀንሰ ወተወልደ አመ ተፈጸመ መዋዕለ ፅንስ ወዝንቱ ተአምኖ በርቱዕ ሃይማኖት ይከሥት ለነ ዘከመ ኢተወለጠ ህላዌ መለኮት ወዳእሙ ይሄሉ ከመ ቀዳሚ ግብሩ።	13 እዚ ድማ ሃይማኖት ንምጽናዕ ሓቀኛ ምሥጢር እዩ። ንሱ እግዚአብሔር ቃል ዓለም ከይተፈጥረ ከምዝነበረ፡ ሥጋዊ ደማዊ ፍጥረት ኵሉ ብዘይ ምፍልላይ ብተፈጥሮ ገንዘቡ ከምዝኾነ፡ ዝተፀንሰን ጊዜ ፅንሲ ምስ ተፈጸመ ኸኣ ዝተወልደን ንሱ ከምዝኾነ ይምህረና። በዚ ቅኑዕ ሃይማኖት'ዚ ምእማን ድማ ባህርየ መለኮት ከምዘይተለወጠ የረድኣና። እኳ ደኣ ከምቲ ናይ ቅድም ግብሩ ይነብር።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
፲፬ ወከሠተ ለነ ከመ ወላዲተ አምላክ ማርያም ድንግል ለዝሉፉ ወሊዶታ መንክር ዘኢይትሐተት ወነበረት ድንግለ ድኅረ ወሊዶታ ወቦቱ ዓዲ መንፈስ ቅዱስ ዘዚአሁ በህላዌ መለኮታዊ ወእምአመ ኃደረ ቃል ውስተ ከርሠ እሙ ድንግል አስተርአየ ሥጋ በመንፈስ ቅዱስ ወኮነ ፩ደ ምስሌሁ በኵሉ ዘዘከርነ ወተዐውቀ በሥርዓት ከመ ኢፍሉጥ ውእቱ።	14 ወላዲተ አምላኽ ማርያም ንዘለዓለም ድንግል ከምዝኮነት፡ ምውላዳ ውን ዘይምርመር ድንቂ ከምዝኮነ፡ ድኅሪ ምውላዳ ውን ብድንግልና ጸኒዓ ከም ዝነበረት ኣረድኣና። ብባህርየ መለኮት ገንዘቡ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ሕጂ ውን ናይ ባህርይ ሕይወት እዩ። ቃል ኣብ ማኅፀን ኣደኡ ካብ ዝኃድር ጀሚሩ፡ ሥጋ ብመንፈስ ቅዱስ ተገልጸ። ብኵሉ በዚ ዝበልናዮ ምስ ቃል ሓደ ኮነ። ብተዋሕዶ ውን ፍሉይ ከምዘይኮነ ተፈልጠ።
፲፭ ወዝንቱ ዓዲ አስተርአየ በጊዜ ጥምቀቱ በማየ ዮርዳኖስ አኮ ፈቂዶ ለተጠምቆ ሐሰ ወዳእሙ ከመ ያስተርኢ ወየሃበነ ጥንተ ልደት ዳግማየ ወውእቱሰ አልቦቱ መፍቅድ በኀቤነ ለነ ለእኁለ እመሕያው ። መዝ ፸፱(፸፰)፡፫ ። ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፯።	15 ኣብ ማይ ዮርዳኖስ ምስ ተጠምቀ ውን እዚ ምሥጢር'ዚ ዳግማይ ተገልጸ። ኣምላኽ ብሥጋ ተገሊጹ ጥንተ ልደት ዳግማይ ንክህበና እዩ እምበር ጥምቀት ደልዩ ኣይተጠምቀን። ንሱስ ካባና ካብ ሰባት ዝደልዮ ነገር የብሉን። መዝ 29 (28)፡3። 118(117)፡27።
፲፮ ወሀሎ መንፈስ ቅዱስ ይጼልል መልዕልተ ማይ እምቅድመ ዝንቱ ግብር ዘተፈጸመ በእንቲአነ በጥበብ ወሥርዓት ዘከመ ወጠነ ዳግመ ልሂኰተነ ወበእንተ ዝንቱ ይደሉ ይትበሀል ከመ ውእቱ ነሥአ መንፈሰ ዚአሁ ዘተነግረ በኢሳ ይያስ ነቢይ እንዘ ይብል መንፈሰ እግዚ አብሔር ላዕሌየ በእንተ ዝንቱ ቀብዐኒ።	16 ንኣና ደጊሙ ክሕድሰና ከምዝጀመረ፡ ቅድሚ'ቲ ምእንታና ብጥበብን ሥርዓትን ዝተፈጸመ ሥራሕ (ጥምቀት)፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ማይ የንሳፍፍ ነበረ። ስለዚ ድማእቲ ብነቢይ ኢሳይያስ' መንፈስ እግዚኣብሔር ኣባይ ህልው እዩ፡ ነዚ ነገር 'ዚ ውን ኣዋሓደኒ' ክብል ዝተነግረ፡ ንናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስ ንእኡ ገንዘብ ከምዝገበረ ክንገር ይግባእ።
፲፯ በእንተዝ ሰበከ እንዘ ይብል እስመ መንፈስ ዘዚአየ ዘህላዌየ ለሊሁ ኃደረ ላዕሌየ ወለምንትኑ ተሰመይኩ መሢሐ ዘእንበለ ዳእሙ ሶበ ኮንኩ ሰብአ ዝንቱ ውእቱ መድኃኒትነ ዝንቱ ውእቱ ፈውስነ ዝንቱ ውእቱ ሐዋኂነ። ዘፍ ፩፡፪። ኢሳ ፷፩፡፩። ሉቃ ፬፡፲፯-፳።	17 በዚ ኽኣ 'እቲ ብባህርየይ ናተይ ገንዘበይ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህልውናይ ጸንዐ' ክብል መሃረ። ሰብ ብምኻነይ ደኣ እዩ እምበር ብዘይ እዚ ደኣ ስለምንታይ ክርስቶስ ተበሃልኩ፡ መድኃኒና እዚ እዩ፡ ዝፍውሰና እዚ እዩ፡ ዝበጽሐና ውን እዚ እዩ። ዘፍጥ 1፡2። ኢሳ 61፡1።ሉቃ 4፡17-20።
፲፰ ወበእንተዝ ይቤ እምድኅረዝ በእንተዝ ፈነወኒ እዜንዎሙ ለነዳያን ወአስተ ፍሥሐሙ ለትኩዛነ ልብ ወእስብክ ግዕ ዛነ ለፂውዋን ወይርአዩ ዕውራን ወዘሰ ኃደረ ላዕሌሁ መንፈስ ቅዱስ በእንተ ሥርዓተ ትስብእት ውእቱ ወእመ አኮሰ እፎ ይትበሀል ከመዝ እስመ መንፈስ ቅዱስ ዚአሁ ውእቱ በህላዌ መለኮት	18 ስለዚ ድማ ‹ብድኅር'ዚ ንድኻታት ብሥራት ከበሥሮም፡ ንዝኃዘኑ ስቡራት ልቢ ከጸናንየም፡ ንምሩኻት ሓርነት ክሰብክ ሎም፡ ዕውራት ውን ኀኽርእዩ ነዚ ለኣኸኒ› በለ። ‹መንፈስ ቅዱስ ገንዘቡ ኾነ› ምባሉ ቃል ሰብ ስለዝኾነ እዩ። ሰብ እንተ ዘይከውን ነይሩ ኽኣ እሞ፥ እግዚኣብሔር ኣብ እግዚኣብሔር ህልው ከምዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብባህርየ መለኮቱ ገንዘቡ ከሎ

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
ዘከመ እግዚአብሔር በእግዚአብሔር በከመ ይቤ እስመ አብ በወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፍጹም።	ከመይ ኢሉ ሕጂ ገንዘቡ ኾነ ይበሃል፡ ከምቲ **አብ**፡ ኣብ **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ህልው ምኻኑ ዝተነግረ እዩ።
፲፱ ወበዝ ግብር ኢኮነ ክፉለ ዘከመ ፩ዱ እምነቢያት ወኢበእንተዝ ኃደረ ላዕሌሁ መንፈሰ እግዚአብሔር አላ በከመ ይቤ ኢሳይያስ ነቢይ ሶበ ፈቀደ ይምሀረነ ፍጻሜ ግብሩ ጐለቄ ዘንተ ሰብዐተ ጊዜያተ ወይቤ ኃደረ ላዕሌሁ መንፈሰ እግዚአብሔር መንፈሰ ጥበብ መንፈሰ አእምሮ መንፈሰ ምክር መንፈሰ ልቡና መንፈሰ ጽድቅ መንፈሰ ኃይል መንፈሰ ፈሪሃ እግዚአብሔር እስመ ጐልቄ ፮ቱ ፍጹም ውእቱ በጎበ ዕብራውያን። ኢሳ ፲፩፡፩-፫። ዕብ ፫፡፫።	19 በዚ ግብሪ እዚ ውን ተዋሕዶ ጠፊኡ ከም ሓደ ካብ ነቢያት ኣይኮነን። ስለዚ ነገር'ዚ ውን መንፈስ ቅዱስ ዝኃደሮ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ከምቲ ነቢይ ኢሳይያስ ነቲ ፍጹም ጐይትነቱ ኽረድኣና ኣብ ዝደለየሉ ጊዜ፡-ብዕብራውያን ሸውዓተ ቀጽሪ ፍጹም እዩ እሞ ነዚ ሸውዓተ ጊዜ ደጋጊሙ ቈጺሩ ከምዚ በለ፥ ‹መንፈስ እግዚኣብሔር ገንዘቡ ኮነ፥ መንፈስ ንእግዚኣብሔር ከምዝፈርሀ ዝገብር መንፈስ ኃይሊ፡ መንፈስ ሓቂ፡ መንፈስ ምስትውዓል፡ መንፈስ ምኽሪ፡ መንፈስ ፍልጠት፡ መንፈስ ጥበብ።’ኢሳ 11፡1-3። ዕብ 3፡3።
፳ ወዮሐንስኒ ዘኢወለዳ አንስት ዘየወቢ እምኔሁ ይቤ ዘንተ ክሡተ አንሰ ኢየአምሮ ወባሕቱ ዘፈነወኒ አጥምቅ በማይ ውእቱ ይቤለኒ ዲበ ዘርኢከ ይወርድ መንፈስ ቅዱስ ወይነብር ላዕሌሁ ውእቱ ያጠምቅ በመንፈስ ቅዱስ። ዮሐ ፩፡፴፫።	20 እቲ ካብኡ ዝዓቢይ ኣንስቲ ዘይወለዳ ዮሓንስ ውን፥ 'እቲ ብማይ ኽጥምቕ ዝለኣኸኒ እግዚኣብሔር ደኣ፡ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ክቕመጥ እትርእዮ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዘጥምቕ በለኒ እምበር ኣነስ ኣይፈልጠን እየ ነይረ' ክብል ነዚ ገሊጹ ተዛረበ። ዮሓ 1፡33።
፳፩ ዘሰ ኃደረ ላዕሌሁ አኮ ውእቱ ነኪር እምኔሁ አላ ፩ዱ ውእቱ ምስሌሁ በመለኮት ወሀሎ ምስሌሁ እምቅድመ ኵሉ ዓለም በእንተ ዝንቱ ያጠምቅ እግዚአብሔር እለ የአምኑ ቦቱ በጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዘከመ ይደሉ ለመለኮት ያጠይቅ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር ወቦቱ ገብረ ተአምራተ እስመ ዘዚአሁ ውእቱ በህላዌ መለኮታዊ። መዝ ፹፫(፹፪)፡፭-፮።	21 ኣብ ርእሱ ዝተቐመጠ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኡ ፍሉይ ኣይኮነን፡ እኳ ደኣ ብባህርይ ምስኡ ሓደ እዩ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ውን ምስኡ ዝነበረ እዩ። ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ነቲ እግዚኣብሔርነቱ ኻኸረድእ፡ ንጐይትነቱ ከምዝግባእ ነቶም ዝኣምንዎ ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ የኽብር። ቦቲ መለኮታዊ ባህርይ ሥልጣን ናቱ ስለዝኾነ ብሥልጣኑ ተኣምራት ገበረ። መዝ 33(32)፡5-6።
፳፪ አኮ ውእቱ ዘገብረ ኃይለ ነኪረ ዘኢኮነ ለሙቱ ከመ ነቢያት እለ ገብሩ ከመዝ ወኢይቤ ዘከመ ይብሉ ነቢያት በስመ እግዚእ አመ ገብረ መንክራት አላ እስመ ለሊሁ ፩ዱ እግዚአብሔር ወለሙቱ ሥልጣን ወመንግሥት ሰማያዊ ይቤሎ ለዘለምጽ ናሁ ፈቀድኩ ንጻሕ	22 ከምቶም ብዘይገንዘቦም ተኣምራት ዝገበሩ ነቢያት፡ ቦቲ ገንዘቡ ዘይኮነ ፍሉይ ግብሪ ዝገበረ ኣይኮነን። ተኣምራት ክገብር ከሎ ከምቲ ነቢያት ‹ብስም እግዚኣብሔር› ዝብሉ ኣይበለን። ከመይ ንሱ ሰማያዊ መንግሥቲ ሰማያዊ ሥልጣን ዘለዎ ሓደ እግዚኣብሔር እዩ። ነቲ ለምጻም 'እንሆ ፍቓደይ እዩ ንጻሕ' በሎ እምበር።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
ወለሀብተ ፈውስሂ ዘይከውን በፈቃዱ ይቀድሞ ንባቡ። ማቴ ፰፥፪-፬።	ነቲ ብፍቓዱ ዝግበር ግብረ ፈውስ ውን ትእዛዙ እዩ ዝቐድሞ። ማቴ 8፡2-4።
፳፫ ወለመዋግደ ባሕርኒ ገሠፃሙ ከመ ይጎድኡ ወኢይትለዐሉ ወሶቤሃ ጎድኡ እስከ ኮነ ዘከመ ኢሀሎ ዐውሎ ግሙራ እስመ ውእቱ ዘገብረ ሎቱ ዓናቅጸ ወመዐፅወ ውእቱ አዘዘ ወወሰነ ሎቱ መካነ ከመ ኢይጎልፍ እምኔሁ ወበዘከመዝ አምሳል ሶበ ተሀውክት ሐመር እንተ ሀለው ውስቴታ ሐዋርያት እምብዙኀ መዋግድ ወኃይለ ነፋሳት እንተ ያንቀለቅልዋ አስተርአዮሙ ፍጡነ እንዘ ያንሶሱ ዲበ ዝኩ ዕመቅ ወኮነ ህላዌ ዝኩ ማይ መትሕተ እገሪሁ ከመ ምድር ወኢክህለ ይኩን ከመ ቀዳሚ። መዝ ፻፬(፻፫)፡፭-፱። ማቴ ፰፥፳፬-፳፰። ፲፬፡፳፪-፴፪።	23 ነቶም ማዕበላት ባሕሪ ንክሃድኡ ገሠፆም፡ ሸው እቲ ኣውሎ ነፋስ ፈጺሙ ከምዘይነበረ ክሳዕ ዝኸውን ጸጥ በለ። ከመይ ንባሕሪ ወሰን ደረት ዝገበረሉ ንሱ፡ ካብኡ ንከይኃልፍን ከይተርፍን ብትእዛዙ ወሲኑሉ እዩ። ነዚ ብዝመስል ሥራሕ ውን እታ ሓዋርያት ዘለውዋ መርከብ ብብዝኀ ማዕበላትን ብብርቱዕ ነፋሳትን ምስ ተናወጸት፡ ቀልጢፉ ብልዕሊ ዓሚቑ ባሕሪ ክመላለስ ተራእዮም። ህልውና ናይቲ ማይ ውን ከም መሬት ኣብ ትሕቲ እግሩ ኮነ። ከምቲ ቀደሙ ውን ክኸውን ኣይክኣለን። መዝ.104(103)፡6-9። ማቴ 8፡24-28። 14፡22-34።
፳፬ ወከመዝ ዓዲ ይክሥት ለነ እምግብረ መለኮት ይቤሎ ለአልዓዛር ግኡዝ ወጥብሉል በሰበን ምውት እምአመ ፬ቱ ዕለታት አልዓዛር ነዐ ፃእ አፍአ ወወጽአ ዝኩ ምውት እምውስተ መቃብር ። ዮሐ ፲፩፡፴፰-፵፬።	24 ደጊሙ ውን ካብቲ ሥራሕ ኣምላኽነት ንኽገልጸልና፡ ነቲ ቅድሚ 4ተ መዓልቲ ሞይቱ ብመግነዝ ተጠቕሊሉ ኢዱን እግሩን ተኣሢሩ ተቐቢሩ ዝነበረ ኣልዓዛር፡ 'ኣልዓዛር ኣልዓዛር ነዓ ካብ መቓብር ውጻእ' በሎ። እቲ ሞይቱ ዝነበረ ኣልዓዛር ድማ ካብ መቓብር ተንሥአ። ዮሓ 11፡38-44።
፳፭ ወኢገብረ ዘንተ ሥልጣነ በዝንቱ ተአምር ዘከመ የሐግግ ሕገ በዘኢይደልዎ አምሳል አላ ዘከመ ይደሉ ለግብረ መለኮት ከመ ሐጋጌ ሕግ ይትክል ዲቤነ ሕገ ወንጌላዊ ወበዝንቱ ይክሥት ለነ ከመ ውእቱ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ዘሐገገ ለቀደምት ። መዝ ፹፰(፹፱)፡፩-፲።	25 ሠራዊ ሕጊ ከም ምኻኑ መጠን ነቲ ሥራሕ ኣምላኽነቱ ዝግባእ ሕገ ወንጌል ንክሠርዓልና እዩ እምበር፡ በቲ ዘይግባእ ዓይነት ሕጊ ንክሠርዕ ነዚ ሥልጣንዚ በዚ ምልክትዚ ኣይገበረን። በዚ ውን ነቶም ቀዳሞት ሰባት ምስ **እብን መንፈስ ቅዱስን** ሕጊ ዝሠርዐ ንሱ ከምዝኾነ ይገልጸልና። መዝ 78(77)፡1-10።
፳፮ ወከመ ያውጽኦነ እምሕግ ዘትካት ወከመ ይገሥፀነ ወይስሐበነ ጎበ አእምሮ ልቡና ከመ ንለቡ ዕበየ ወንጌል ወክብሮ ይቤ ሰማዕክሙ ዘተብህለ ለቀደምትክሙ ኢትቅትል እስመ ዘቀተለ ይትኴነን በደይን ወአንሰ እብለክሙ እስመ ዘተምዐ ላዕለ እኁሁ በከንቱ ይትኴነን በደይን። ማቴ ፭፥፳፩።	26 ካብታ ቀዳመይቲ ሕጊ ንክፈልየና፡ ዕብየትን ክብርን ወንጌል ንክንፈልጥን ንክምህረናን ናብ ፍጹም ፍልጠት ንክብጽሓናን ከምዚ በለ፡ 'ነቶም ቀዳሞት ሰባት እቲ ዝቐተለ ንገሃነም ኪፍረድ እዩ እሞ ኣይትቐተል ከምዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፡ ኣነ ግና እቲ ንኃዉ ብከንቱ ዘቐጥዖ ዘበለ ንገሃነም ኪፍረድ እዩ እብለኩም ኣሎኹ'። ማቴ 5፡21።

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
፷፯ ወካዕበ ይቤ አንሰ እብለክሙ እስመ ዘርእያ ለብእሲት ወፈተዋ ወድአ ዘመወ ባቲ ወካዕበ ይቤ ኢትምሐል ግሙራ ወካዕበ ይቤ አፍቅሩ ጸላእተክሙ በኮሉ ግብር። ማቴ ፭፡፳፯-፵፬።	27 ከምኡ ውን 'ኣነ፡ ንሰበይቲ ርእዩ ዝምነያ ኮሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም ኣሎኹ' በለ። ከምኡ ድማ 'ፈጺምካ ኣይትምሓል' በለ። ከምኡ ኸኣ ብኹሉ ሥራሕ ጸላእትኹም ኣፍቅሩ' በለ። ማቴ 5፡27-46።
፷፰ ውእቱሰ በኮሉ ዘሰበከ ከመ አምላክ ወለሊሁ መጋቢ ወመላኬ ኮሉ ፍጥረት ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ወፈዱ እምፍቱ አካላት ዘነአምሮ እምኔሆሙ አሐደ ገጸ ወአሐደ መለኮተ ዘላዕለ ኮሉ እግዚአብሔር ቃል ተሠገወ ወኮነ ሰብአ በሥርዓተ ትሕትና።	28 ንሱስ እቲ ኮሉ ዝመሃሮ ትምህርቲ ከም ኣምላኽ እዩ። ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ንኮሉ ፍጥረት ፈጢሩ ዝገዝእን ዝሕሉን ንሱ እዩ። እቲ ካብኦም ብገጽ ፍሉይ ብመለኮት ግና ሓደ ከምዝኾነ እንፈልጠ፡ ልዕሊ ኮሉ ዝኾነ፡ እቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ እግዚኣብሔር ቃል በቲ ተዋሪዱ ዝገበሮ ተዋሕዶ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ።
፷፱ ወኢጎደገ ዕበየ ወክብረ መለኮት ወኢተወለጠ እምወልድናሁ ዘውእቱ ሎቱ እምቅድመ ዓለም ወኢተመይጠ ህላዌ መለኮቱ ጎበ ሥጋ ወኢሥጋ ኢተመይጠ ጎበ ህላዌ መለኮት እስመ ኢይደሉ መለኮት ይትመየጥ ከመ ይኩን ፍጡረ እንዘ ለሊሁ ህልው በህላዌ መለኮታዊ ዘልፈ።	29 ናይ ባህርይ ክብሩን ጕይትነቱን ኣይገደፈን። ካብቲ ዓለም ከይተፈጥረት ናቱ ዝኾነ ወልድነቱ ኣይተለወጠን። ባህርየ መለኮቱ ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። ሥጋ ድማ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን። ኮሉ ሳዕ ብባህርየ ፈጣሪነት ስለዘሎ፡ መለኮት ተለዊጡ ፍጡር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።
፸ ወውእቱ ሰመየ ርእሶ ቀዳማየ ወዓዲ ኢይትከሀል ይፍልስ ሥጋ ዘይትዌለጥ ጎበ ዘኢይትዌለጥ ወበከመ ግብር ዘይከውን እምፍቱ ህላዌያት ሶበ የኀብሩ በበይናቲሆሙ ይከውኑ ፩ደ እንዘ ኢይወጽእ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ እምህላዌሁ እንዘ ቀዳሚ ፪ቱ።	30 ንሱ ባዕሉ 'ቀዳማዊ ኣምላኽ እየ' በለ። እምበኣር እቲ ዝልወጥ ሥጋ ናብ ዘይልወጥ ባህርይ ምኻን ክልወጥ ኣይክእልን እዩ። ከምቲ ካብ ክልተ ባህርያት ዝርከብ ሥራሕ፡ ቅድም እኳ ክልተ እንተኾኑ ነፍስ ወከፍ ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ነሓድሕዶም ምስ ተዋሓዱ ሓደ እዮም ዝኾኑ።
፸፩ ወከመዝ ትሥጉተ መድኃኒነ ይከውን ረባሒ ከመ ናእምር ፩ደ ፩ደ እምፍቱ ህላዌያት ዘኮነ እምኔሆሙ ተዋሕዶ ዘውእቱ አምላክ ቃል ወሥጋ ዘነሥአ እማርያም ድንግል ዘውእቱ ዕሩይ ምስለ ህላዌነ ወረሰዮ መድኅን ይትዋሐድ በቆመ አካል እስመ ንሕነ ነአምር በዝንቱ አምሳል ዘዘከርናሁ ከመ ዝንቱ ፩ዱ ዘኢይትፈለጥ ኮነ እምፍቱ እለ ጎብሩ በበይናቲሆሙ በጽምረት ዘኢይትነገር።	31 በዚ ድማ ናይ መድኃኒና ሰብ ምኻን፡ ነቲ በቶም ነፍሲ ወከፍ ካብ ክልተ ባህርያት ዝተገብረ ተዋሕዶ ምእንቲ ክንፈልጥ ይሕግዘና። እዚ ድማ እቲ መድኃኒና ብሓቂር ቁመት ብጸቢብ ደረት ተወሲኑ ዝተዋሓዶ ምስ ባህሪና ሓደ ዝኾነ ካብ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋን ኣምላኽ ቃልን እዩ። በዚ ዝጠቐስናዮ ኣበሃህላ፡- እዚ ዘይክፈል ሓደ፡ በቲ ዘይንገር ተዋሕዶ ነንሓድሕዶም ካብ ዝተዋሓዱ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና።
፸፪ ወይእዜኒ ግብሩ ክሡት እስመ ህላዌ እግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ተሠገወ እንበለ	32 ሕጂ ውን እቲ ሓደ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባህርይ ከይተለወጠን ከይተናወጸን

ዘሳዊሮስ ም. ፹፯	ዘሳዊሮስ ም. 87
ሚጠት ወውላጤ ወንሬኢ ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወዝንቱ ፩ዱ ለሊሁ ይገብር ግብረ ዘመለኮት ወዓዲ ለሊሁ ሰብእ እንበለ ውላጤ ለሊሁ ወልድ እስመ እግዚአብሔር ውእቱ ወለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ ወለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር አብ ዘህሎ እምቅድም ፈቀደ በዕበየ ሣህሉ ይኩን ወልደ እጓለ እመሕያው እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም።	ሰብ ከምዝኾነ ነገሩ ፍሉጥ ርዱእ እዩ። ንሱ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። እዚ ሓደ ንሱ ናይ ሥራሕ ኣምላኽነት ይሠርሕ፣ በዚ ውን ንሱ ምልዋጥ ዘይብሉ ሰብ እዩ። ንሱ ወልድ እዩ። ንሱ እግዚአብሔር ስለዝኾነ፣ ብቅድምና ዝነበረ ወልደ እግዚአብሔር አብ ውን ስለዝኾነ ብፍጹም ለውሃቱ ካብ ዘርኢ ዳዊትን ኣብርሃምን ተወሊዱ ወዲ ሰብ ንክኸውን ፈተወ።
፴፫ ወኢይደሉ ይትፈለጥ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘከመ ንባበ ንስጥሮስ ዕልው ዘይቤ እስመ ህላዌ መለኮት ውእቱ ዘገብረ መንክራተ ወህላዌ ትስብእት ውእቱ ዘተወክፈ ሕማማተ ወይፈልጥ ፪ተ ህላዌያተ በበይናቲሆሙ ዘከመ አይሁድ።	33 ከም ኣይሁድ፥ 'ክልተ ባህርያት ነንበይኖም ፈላልዩ እቲ ተኣምራት ዝገበረ ናይ መለኮት ባህርይ እዩ፣ እቲ መከራ ዝተቐበለ ድማ ናይ ሥጋ ባህርይ እዩ' ዝበለ ከሓዲ ንስጥሮስ ከም ኣበሃህላኡ፣ ድኅሪ ተዋሓዶ እቲ ሓደ ናብ ክልተነት ክኽፈል ኣይከኣልን እዩ።
፴፬ አላ ዝንቱ ፩ዱ አማኑኤል ፩ዱ እምነ ፪ቱ ወኢተቆስሐ ዘኮነ እምኔሆሙ እስመ ፩ዱ ፩ዱ ህላዌ ካልእ ውእቱ እምካልኡ ወአኮ ፍሉጥ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወከመ ዝንቱ ፩ዱ እንበለ ፍልጠት ይገብር መንክራተ ወይትዌከፍ ሕማማተ ዘከመ ሥምረቱ ዘውእቱ ሕማማተ ሥርዓተ ትስብእት እንተ አልባቲ ኃጢአት ወበትስብእቱሂ ኢአበሰ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ።	34 ንሱ ሓደ ኣማኑኤል ካብ ክልተ ሓደ ዝኾነ እዩ እምበር። እቲ ካብ ክልተ ሓደ ዝኾነ ውን ኣይተሓዋወሰን። ከመይ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ባህርይ ፍሉይ ስለዝኾነ። እንተኾነ ግና ድኅር'ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርያት ዝተኸፍለ ኣይኮነን። እዚ ሓደ ዘይክፈል ብምኻኑ ከምቲ ፍቓዱ ተኣምራት ይገብር። መከራ ውን ይቕበል። እዚ ድማ ኃጢኣት ዘይብላ፣ ብሕጊ ሰብ ምኻን ዝተቐበሎ መከራ እዩ። ሰብ ብምኻኑ ውን ኣይበደለን፣ ኣብ ልሳኑ ውን ሓሶት ኣይተረኽበን።
፴፭ ርኅበ በፈቃዱ ሶበ ጸመ ፵ መዓልተ ወ፵ ሌሊተ በእንቲኣነ ወአብሐ ለዲያብሎስ ይቅረብ ኀቤሁ ዝኩ ዘይቤሎ በል እላ አእባን ይኩና ኀብስተ ወእምድኅረዝ ይቤሎ ዘምሉእ ጥውየተ ወስፍጠተ ወዛቲ ስፍጠት ዘረሰየቶ ለአዳም ይትመየጥ ውስተ መሬት ወባሕቱ ዘያሜክር ጕየ ርኁቀ ተኀፈሮ ወተመዊየ ሶበ ቀርበ ኀበ አምላክነ ወሀቤ ሲሳይ ለኵሉ ዘሥጋ። ዘፍ ፫፡፩-፳፬። ማቴ ፬፡፩-፲፩። ሉቃ ፬፡፩-፲፬።	35 ምእንታና 40 መዓልቲ 40 ለይቲ ድኅሪ ምጾሙ ብፍቓዱ ጠመየ፣ ዲያብሎስ ናብኡ ንክቐርብ ውን ፈቐደሉ። እዚ ኸኣ 'ነዞም ኣእማን እንጌራ ይኹኑ በል' ዝበሎ እዩ። ብድኅር'ዚ ዲያብሎስ ምትላልን ጥውየትን ዝመልኦ ነገር ተናገረ። እዛ ምትላል'ዚኣ ድማ ንኣዳም ናብ መሬትነት ዝመለሰቶ እያ። ነገር ግና እቲ ፈታኒ ዲያብሎስ ናብቲ ንኹሉ ፍጥረት መግቢ ዝህብ ፈጣሪና ምስ ቀረበ ኃፊሩ ተሳዒሩ ኸደ። ዘፍጥ 3፡1-24። ማቴ 4፡1-11። ሉቃ 4፡1-14።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘያዕቆብ ም. ፹፰	ዘያዕቆብ ም. 88
ምዕራፍ ፹፰ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 88 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ያዕቆብ ዘሥሩግ በድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ልደቱ ወጥንቱ መንክር ውእቱ ልደትከ አ ወልደ እግዚአብሔር ከመዝ።	1 ናይ ሃገረ ሥሩግ ኤጵስቆጶስ ቅዱስ ያዕቆብ ብዛዕባ ነገረ ልደቱን ፅንሰቱን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ፥ ‹አ ወልደ እግዚአብሔር! ልደትካ ዘደንቕ› እዩ በለ።
፪ ፈጣሬ ሕፃናት ንኡሳን ዘያልሕቅ በበሕቅ በከርሥ ወይፈጥር አካላተ ፍጹማነ እንዘበውስተ ከርሠ አንስት ሶበ ፈጸመ መልክዐ አክሊለ ሥጋሁ ወተፈጸመ ጌራ አባለ ዕበዩ ወሶበ አስተጋብአ ሥጋ መልክዑ ዘከመ የአምር ፈጸመ ህላዌ ማኅተም ዘመልክዐ ሥጋሁ ፈጠረ አካለ ዚአሁ በማኅፀን ወገብረ ሥዕለ ሰብእ ፍጹመ ወፈጸመ ሐኒፀ ሥጋሁ መንፈሳዊ ወአቀመ ሥጋሁ በብዙኅ ብዕል ። ዮሐ ፩፡፲፬። ሮሜ ፩፡፫-፭።	2 እቲ ንናኣሽቱ ሕፃናት ኣብ ማኅፀነ ኣንስት ሕዋሳት ፈጢሩ በብንእሽቶ ዘዕቢይ ፈጣሬ ሕፃናት፥ ናይ ሥጋኡ ቀረንቀራ ርእሲ ፈጢሩ ምስ ፈጸመ፣ ጐይትነቱ ዝግለጸሉ ጸጕሪ ርእሲ ውን ተፈጢሩ ምስ ተፈጸመ፣ ንሱ ከምዝፈልጦ ንሕዋሳት በብመልክየም ሓደ ጌሩ ካብ ጸጕሪ ርእሲ ክሳዕ ጽፍሪ እግሪ ንዘሎ ፍጹም ኣካል ፈጢሩ ምስ ወድኣ፥ ነቲ ፍጹም ኣካሉ ኣብ ማኅፀን ቀረጸ፣ ፍጹም መልክዕ ሰብ ውን ገበረ። ነፍሲ ዘለዎ ሥጋኡ ውን ፈጢሩ ፈጸመ። ብክብሪ ኣምላክነት ድማ ኣጽንዩ። ዮሓ 1፡14። ሮሜ 1፡3-5።
፫ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ያዕቆብ ዘሥሩግ በጥንተ ዝንቱ ድርሳኑ በእንተ ዘነገራ መልአክ ለድንግል ንጽሕት እንዘ ይብል መንፈስ ቅዱስ የኀድር ላዕሌኪ በንጽሕና ወኃይለ ልዑል ይጼልለኪ በፍሥሓ ወዘይሥዕል ሕፃናተ ንኡሳነ ለሊሁ ሠዓለ እምኔኪ ሥጋ ይልበሶ ወእግዚአ ደቂቅ ኃደረ በማኅፀንኪ ወፀነስኪዮ ወለብሰ አልባሰ በከርሥኪ ንጽሕት ወአስተዳለወ ሎቱ አልባሰ ዐጽፍ ዘሥጋ እምዕናመ ማኅፀንኪ። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፪።	3 ደጊሙ ውን እዚ ናይ ሥሩግ ኤጲስ ቆጶስ ቅዱስ ያዕቆብ፥ ነቲ እቲ መልኣኽ ንቅድስት ድንግል 'መንፈስ ቅዱስ ብሥጋን ብነፍስን ኣንጺሑ ክኃድረኪ እዩ፣ ኃይሊ'ቲ ልዑል ወልድ ውን ካብ ሠለስተ ግብራት ክሕልወኪ እዩ' ዝበላ ኣብ ዝተርጐመሉ በዚ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ንናኣሽቱ ሕፃናት ዝፈጥር ንሱ፣ ንክዋሓዶ ሥጋ ካባኺ ፈጠረ። ነቶም ናኣሽቱ ዝፈጠረ ንሱ ኣብ ማኅፀንኪ ኃደረ፣ ፀነስኪዮ ኣብ ንጽሕቲ ማኅፀንኪ ሥጋ ተዋሓደ። ናይ ሥጋ ሕይወት ዝኾነት ነፍሲ ውን ኣብ ማኅፀንኪ ፈጢሩ ተዋሓደ። ሉቃ 1፡26-39።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 3**
፬ ወካዕበ ይቤ በውስተ ድርሳን ዘደረሰ በእንተ ሕማማት ማሕየዊት ወጥንቱ አ ወልደ እግዚአብሔር ሕያው ቃል ዘኮነ መሥዋዕተ በእንተ ኃጣውኢነ።	4 ብዛዕባ ዘድኅን ሕማሙን ሰብ ናይ ምኻኑ ነገርን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ዳግማይ ከምዚ በለ፥ ኃጢኣትና ንምስትሥራይ መሥዋዕት ዝኾነ ወልደ እግዚአብሔር ሕያው ቃል ክንደይ ይደንቕ እዩ።
፭ ፈጠረ ሎቱ እንግድዓ በከርሠ ድንግል ከመ ቦቱ ትጹሮ ድንግል ያሮ በእንግድዓሁ ለበግዕ ዘተንጉለ ወማሰነ ያሮ በእንግድዓሁ ለረድእ ዘያፈቅሮ። ሉቃ ፪፡፯-፳፰። ፲፭፡፭። ዮሐ ፲፫፡፳፭።	5 ምእንቲ ድንግል ክትሓዝሎን ክተቕፍን ኣብ ማኅፀን ድንግል ንእኡ ኣፍ ልቢ ፈጠረ። ንጥፉእ በጊዕ ኣብ ኣፍ ልቡ ሓቔፎ (ነቲ ብፍዳ ተታኒዙ ተጐዲኡ ዝነበረ ባህርይ ኣዳም ናቱ ገበረ።) ነቲ ዝፈትዎ ወደ መዝሙር ውን ኣብ ኣፍ ልቡ ኣጸግየ። ሉቃ 2፡7-28። 15፡5። ዮሓ 13፡25።

ዘያዕቆብ ም. ፲፰	ዘያዕቆብ ም. 88
፮ ወዘአልቦቱ ሥጋ ነሥአ አባለ ሶበ ተሠገወ ወቦቱ አንዝዎ ከመ ይፈጽሙ መፍቅዶሙ ፈጠረ አፈ ወምራቀ ከመ ይክሥት አዕይንተ ዕውራን ወልሳነ ፈጠረ ከመ ይስድድ አጋንንተ ወያውጽአሙ ወፀተ መዛርዓ ፈጠረ ከመ ይሕቅፍ ቦሙ ዓምደ በዓውደ ፍትሕ ። ዮሐ ፱፡፮። ማር ፮፡፶፮።	6 እቲ ሥጋ ዘይብሉ፡ ሰብ ክሸውን እየ ምስ በለ ሥጋ ወሰደ። ፍቓዶም ንክፍጽሙ ድማ ብሥጋ ኃዝዎ። ኣዕይንተ ዕውራን ንክብርህ ኣፍን ምራቕን ፈጠረ። ኣጋንንቲ ኣውፂኡ ንክሳድድ ልሳን ፈጠረ። ኣብ መጋባእያ ፍርዲ ንዓምደ ቁሣር (መስቀል) ክሓቕፈሎም ክልተ ቀላጽም ፈጠረ። ዮሓ 9፡6። ማር 1፡27።
፯ ወዓዲ ዘባነ ፈጠረ ከመ ይትወከፍ ቦቱ ቅሥፈተ እምነ መኰንን ፈጠረ ለሙቱ እንግድዓ ከመ ይጹሮ ለረድእ ድንግል ወበጽሐ ኀበ ኮሉ ግብር ከመ ያግዕ ዘነ። ኢሳ ፶፡፮። ዮሐ ፲፱፡፩።	7 ከምኡ ውን ካብ ጲላጦስ መግረፍቲ ንክቕበል ዝባን ፈጠረ። ነቲ ረድኢ ድንግል ዮሓንስ ናብኡ ንክጸግየ ኣፍ ልቢ ፈጠረ። ምእንቲ ከድኖነና ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ኢሳ 50፡6። ዮሓ 19፡1።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፰ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ያዕቆብ ዘሥሩግ በውስተ ዝንቱ ድርሳኑ ዘዘከርነ በመንክር ትሕትና ወረደ እግዚአብሔር ቃል አንከሩ ሐራ ልዑላን እለ ኢያስ ተርእዩ ርዕዱ ላዕካኒሁ መላእክት በመካኑ ልዑል ሶበ ርእዩ እንዘ ይትለአክ ለአርድእት ደንገጹ ብርሃናት አመ ነጸሩ ትሕትናሁ ለእሳት ግሩም ከመ ያርትዕ አእጋረ አሕዛብ በፍቅረ ትሕትና።	8 እዚ ናይ ሥሩግ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ያዕቆብ ኣብዚ ዝጠቐስናዮ ድርሳኑ ደጊሙ ከምዚ በለ፥ እግዚኣብሔር ቃል ብዘደንቕ ትሕትና ሰብ ኮነ። ዘይርኣዩ ረቂቓን መላእክት ተደነቑ።ኣብ ልዑል ዝፋኑ ንደቀ መዛሙርቱ ከገልግል ምስ ርኣዩ እቶም ኣገልገልቲ መላእኽቲ ኣንቀጥቀጡ። ትሕትና ብዘለዎ ፍቕሪ ንእግረ ልቡና ኣሕዛብ ንክቕንዕ፡ እቲ ግሩም እሳት ብትሕትና ተገሊጹ ምስ ርኣይዎ እቶም ብርሃናት ሰንበዱ።
፱ አንከሩ ጥቀ ወተደሙ አግብርተ አቡሁ እምነ ወልድ ዘወረደ ይኩን ገብረ ወበመለኮቱሰ እንበለ ሕማም አንከሩ ሐራ እምነ መክፈ ለንጽ ዘቅኑት በሐቄሁ ዘሀሎ ስሙ እምቅድመ ፀሐይ ወእምቅድመ ወርኀ ኮነ ገብረ ። መዝ ፸፪(፸፩)፡፭-፲፯።	9 ቡቲ ኣገልጋሊ ንክኸውን ናብዚ ዓለምነዚ ዝመጸ ወልድ፡ እቶም ናይ ኣቦኡ ኣገልገልቲ መላእኽቲ እምብዛ ተደነቑ። ብመለኮቱ ግና ምግልጋል የብሉን። ዘፈር ዘለዎ ዓለባ ሕቂኡ ተዓጢቑ ርእዮም መላእክቲ ተደነቑ። እቲ ስሙ ቅድሚ ፀሓይን ወርኀን ዝነበረ ንሱ ኣገልጋሊ ኮነ። መዝ 72(71)፡5-17።
፲ ሱራፌል ይሴብሕዎ ለእግዚአብሔር ሕያው ወኢይሬእዩ መካኖ ወእግዚአ ሱራፌል ቅኑት ሐቄሁ በመክፈ ለንጽ በድራር እሳት ዘኢይትረአይ በፍርሃት ከመ ኢያውሂ ወውእቱ ኀበ አርድእት ከዊኖ ላእከ ከመ ያመክሮሙ ሦጠ ማየ በንብቲራ ዘበትሕትና ወጸውዖ ለጴጥሮስ ሊቀ አርድእት ይሕፅብ እግሪሁ። ኢሳ ፮፡፩-፬። ዮሐ ፲፫፡፬-፲፩።	10 ሱራፌል ንሕያው ጐይታ የመስግንዎ፡ እንተኾነ ቦታኡ ግና ኣይፈልጡን። ንሱራፌል ዝፈጠረ ንሱ ኣብ ጊዜ ድራር ሕቂኡ ብዘፈር ዘለዎ ዓለባ ተዓጥቀ፡ እቲ ዘይርኢ እሳት ንከየንድድ ብምፍራህ ንሱ ኣገልጋሊ ሓዋርያት ኮይኑ ኣርኣያ ንክኾኖም፡ ሥራሕ ትሕትና ንዝሠርሓሉ ማይ ኣብ ሒላብ ኣዕረቖ። እግሩ ንክሓጽቦ ውን ንሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ ጸውዖ። ኢሳ 6፡1-4። ዮሓ 13፡4-11።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ምዕራፍ ፹፱ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 89 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ አባ ብንያሚ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ በጠማረ መልእክቱ ዘ፲ቱወ፪ቱ እንዘ ያስተነፍር ዕልወተ አርዮሳውያን ወአቡሊናርዮሳውያን እለ ይብሉ ከመ መለኮተ እግዚአብሔር ቃል ሐማሚ መዋቲ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ አባ ብንያሚ÷ ነቶም ‘ባህርይ እግዚአብሔር ቃል ዝሓምም ዝመውት እዩ’ ዝብሉ አርዮሳውያንን አቡሊናርዮሳውያን ነቲ ክሕደቶም ነቒፉ ዘሊፉ አባ ዝጸሓፎ መበል 16 መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፪ ንኩን ድልዋነ ይእዜ አ አኃውየ ወፍቁራንየ ለጸም ወለመልእክተ እግዚአብሔር ወለኮሉ ምግባረ ሠናይ ዘምሉእ ትሩፋተ ወፈድፋደሰ ለሃይማኖት እንተ ኢትጸንን ዘሥሉስ ቅዱስ።	2 አ አኅዋተይ ፍቁራተይ! ሕጂ ኸኣ ንጸምን ኣገልግሎት እግዚአብሔርን፣ ትሩፋት ንዝመልአ ኮሉ ሠናይ ግብርን፣ ብዝያዳ ድማ በታ ምኞናን ዘይብላ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢላ እትኣምን ሃይማኖት ዝተዳሎና ኃኹን።
፫ ወንበል ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ዕሩይ ስቡሕ ወቅዱስ ፫ቱ አካላት ዕሩያን በኮሉ ግብር በምግባር ወበንባብ ፫ቱ ገጻት ወ፭ዱ መለኮት ወ፭ዱ አምሳል ወአሐቲ ሥምረት።	3 ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ዝኾኑ ፈጺሞም ዝተመስገኑ **ብኣብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ** ንኣምን ንበል። ሠለስተ አካላት ብኮሉ ሥራሕ ብምግባር ብምዝራብ ሓደ እዮም። ብገጽ ሠለስተ እዮም፣ ብመለኮት ሓደ እዮም፣ ብሥራሕ ሓደ እዮም፣ ብፍቓድ ውን ሓደ እዮም።
፬ ወይደሉ ንትናገር በእንተ ፭ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ በአካሉ ባሕቲቱ እንበለ ፍልጠት ወኢተስሕት እምሥጋሃ ወደማ ለወላዲተ አምላክ ቅድስት ማርያም እንተ ይእቲ ድንግል በኮሉ መዋዕል ወዝንቱ ሥጋ ዘይትዔረየነ ሐማሚ ዘከመነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት።	4 ካብታ ብኮሉ ዘመን ድንግል ዝኾነት ወላዲተ አምላኽ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብዘይምፍልላይን ብዘይምትሕውዋስን፣ ብዝተፈለየ ኣካሉ ነቲ ሥጋ ዝተዋሓደ፣ ብዛዕባ'ቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ናይቲ ሓደ እግዚአብሔር ቃል ክንዛረብ ይግባእ። እዚ ድማ ንኣና ዝመስል ከማና ዝሓምም፣ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ እዩ።
፭ ወአብዳን ሰብእ እለ ኢይሌብው ይትዐቀፉ ፈድፋደ በእንተ ዘጸሐፍነ በዘኃለፈ ዓም በጠማረ መልእክት ዘ፲ቱ ወ፭ቱ ክፍል እምነገረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንባቤ መለኮት ዘይብል እስመ እግዚአብሔር ቃል ሐማሚ በሥጋሁ እንዘ ኢየሐምም በመለኮቱ።	5 ሓድነትን ሠለስትነትን ዝዛረብ ጎርጎርዮስ፣ 'እግዚአብሔር ቃል ብመለኮቱ ዘይሓምም ክኾውን ከሎ ብሥጋ ግና ዝሓምም እዩ' ክብል ኣብ መበል 15 ክፍሊ መልእኽቱ ካብ ዝተዛረቦ ኣምጺእና ኣብ ዝኃለፈ ዓመት ብዛዕባ ዝጸሓፍናዮ፣ እቶም ዘየስተውዕሉ ዓያሹ ሰባት ፈጺሞም ይጠራጠሩ እዮም።
፮ ወከመዝ በካልእ ክፍል እምነገረ ቅዱስ ቄርሎስ ዘይብል እግዚአብሔር ቃል ሐመ በሥጋ ወእኮ በህላዌ መለኮት	6 ከምኡ ውን ነቲ ኣብ ካልእ ክፍሊ ቅዱስ ቄርሎስ÷ 'ከምቲ ሓፂን ወይ መዳብ ምስ ባህርየ እሳት ምስ ተዋሓደ እሳት(ሓዊ)

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ዘከመ ሐዊን አው ዘከመ ካልእ እመ ይሳተፍ ምስለ ኃይለ እሳት ይትዌከፍ እሳተ ወይመልእ እምነ ላህቡ ወካዕበ አመ ይዘበጥ ሐዊን በሴፈልያ አው በካልእ በዲበ ሐዊን ይወድቅ ዝብጠት ወህላዌ እሳትሰ ኢይትረከብ ግሙራ ለዘቢጥ ከመዝ ነአምን ወንብል ከመ ወልደ እግዚአብሔር ሐመ በሥጋ ወአኮ በህላዌ መለኮት።	ዝመስልን፥ ሙቐቱን ብርሃኑን ረስኑን ገንዘብ ዝገብርን ከምኡ ውን እቲ ሓዊን ብመዶሻ ወይ ብቓልእ ነገር ምስተወቐዐ ኃይሊ'ቲ መዶሻ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓዊን ከምዝወድቕ እምበር እቲ ባህርየ እሳት ግና ከምዘይውቃዕ፥ እግዚአብሔር ቃል ድማ ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ሓመመ' ዝበሎ ከምዚ ንኣምን። ወልደ እግዚአብሔር ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ከምዝሓመመ ድማ ንዛረብ ኣሎና።
፯ ወሶበ ሰምዑ እልክቱ አብዳን ዘንተ ተቃረኑነ ወይብሉ እስመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ ወሞተ በመለኮት ምስለ ሥጋ ወእሙንቱኒ ጎጉላን ይሔልዩ ንባበ አርዮሳውያን ወአቡሊናርዮሳውያን ወገናዳቢሳውያን።	7 እቶም ዓያሹ ውን ነዚ ምስ ሰምዑ ‹እግዚአብሔር ቃል ምስ ሥጋ ብመለኮት ሓመመን ሞተን› እናበሉ ተኸራኸሩና። ኣእምሮ ዘይብሎም እዚኣቶም ነቲ ሰዓብቲ ኣርዮስ፥ ኣቡሊናርዮስን ገናዳቢስን ዝብልዎ ነገር ይዛረቡ።
፰ ወኢሰምዕዎ ለቅዱስ ሐዋርያ ወኢለአበዊነ ለባስያነ እግዚአብሔር ወባሕቱ ነአምሮሙ ከመ እሙንቱ ስሕቱ እምነ ጽድቅ ፈድፋደ ወኢፈተዉ ያንሶስዉ በፍኖተ መንግሥት አላ በፍኖተ በድው ዘምሉእ አሥዋከ ይቤ ጴጥሮስ ሊቆሙ ለሐዋርያት እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ ። ፩ጴጥ ፫፥፲፰።	8 ንቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስን ነቶም እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ኣቦታትናን ኣይሰምዑን። ግና ንሳቶም ካብቲ ሓቐኛ ሃይማኖት ፈጺሞም ከምዝሰሓቱ ንፈልጦም ኢና። ብእሽክ ዝመልአ ዱር ጥሒሶም ደኣ ክሽዱ ፈተዉ እምበር ብመንገዲ ንጉሥ ክሽዱ ኣይፈተዉን። ሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ፥ 'ክርስቶስ ብመለኮት ሕማም ዘይብሉ እንከሎ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ' ክብል ተዛረበ። 1ይ ጴጥ 3፥18።
፱ ወአትናትዮስ ሐዋርያዊ ይቤ በራብዕ ድርሳኑ እንዘ ይትዋሥአሙ ለአርዮሳውያን በዝንቱ ኢይቤ ሐዋርያ ከመ ክርስቶስ ሐመ በመለኮቱ አላ ይቤ ከመ ውእቱ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ከመ ናእምር እስመ ሕማም ዘሥጋ እሙን ወአኮ ውእቱ ዘቃል በህላዌሁ።	9 ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ውን ኣብ ራብዓይ ድርሳኑ ነቲ ጴጥሮስ ዝበሎ ጠቒሱ ንኣርዮሳውያን ክሽሪኽሮም ከሎ 'ክርስቶስ ብመለኮት ከምዝሓመመ ሓዋርያ ጴጥሮስ ኣይተዛረበን፥ ሕማም ብሓቂ ናይ ሥጋ ገንዘብ ደኣ እምበር ብባህርየ መለኮቱ ናይ ቃል ከምዘይኮነ ንክንፈልጥ ንሱ ምእንታና ብሥጋ ከምዝሓመመ ተዛረበ' በለ።
፲ ወካዕበ አብ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ጸሐፈ ሀበ ዕልወተ አቡሊናርዮሳውያን እንዘ ይብል እመሰ ክርስቶስ ሞተ በእንቲአነ አኮ በመለኮቱ ዘሞተ አላ ሞተ በሥጋ በከመ ጽሑፍ	10 ከምኡ ውን ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ኤጲፋንዮስ ንክሕደት ኣቡሊናርዮሳውያን ናብ ዝስዕቡ ሰባት ከምዚ ክብል ጸሓፈ፥ ‹ብመለኮት ሕያው ክሽውን ከሎ ብሥጋ ሞተ› ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ ክርስቶስ ምእንታና እንተ ሞተ ውን ብሥጋ ሞተ ደኣ እምበር ብመለኮት ዝሞተ ኣይኮነን።

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ከመ ውእቱ ሞተ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ ወንትአመን ቡቱ በመንክር ከመ ውእቱ ሐመ ዘበአማን እንዘ ኢየሐምም እሙነ ኢሐመ መለኮት በምንትኒ እስመ ውእቱ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ወኢይትዌለጥ ወዕሩይ ውእቱ ምስለ አብ።	ብሓቂ ሕማም ዘይብሉ እንከሎ ብሓቂ ከምዝሓመመ ቡቲ ግሩም ሥራሑ ንኣምን። መለኮት ብዝኾነ ነገር ኣይሓመመን፡ ከመይ ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ፡ ኣይልወጥን እዩ፡ ምስ አብ ውን ማዕረ እዩ።
፲፭ ወካዕበ ይቤ ጠቢብ ቄርሎስ በአውሥኦቱ ዘጸሐፎ በውስተ ፲ቱ ወ፪ቱ ክፍል እንዘ ያስተነፍር ክሕደተ ታኦድሪጣስ እስመ ውእቱ ሐመ በዝንቱ ሥጋ በፈቃዱ እንዘ ለሊሁ መድኃኔ ኮሉ ፍጡራን ወንትአመን ከመዝ ከመ ውእቱ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በሥጋ በእንተ ኮሉ በከመ ይቤ ጳውሎስ ቅዱስ ሐዋርያ ወዓዲ በከመ ስምዐ ኮነ ጴጥሮስ በጥበቡ ወይቤ እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲኣነ በሥጋ ወኣኮ በመለኮቱ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ጠቢብ ቄርሎስ በካልእ ድርሳኑ እስመ ውእቱ በጸጋ እግዚአብሔር ጥዕመ ሞተ በሥጋ በእንተ ኮሉ ። ዕብ ፪፡፱። ፭ ጴጥ ፫፡፲፰።	11 ከምኡ ኸኣ በሊሕ ቄርሎስ ንክሕደት ታኦድሪጦስ ነቒፉ ዘሊፉ ኣብ መበል 12 ክፍሊ ኣብ ዝጸሓፎ መልሲ፥ ንኮሎም ፍጡራን ዘድኅን እንከሎ ብፍቃዱ ኣብዚ ዓለምዚ ሓመመ በለ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝበሎ፡ ደጊሙ ውን ቅዱስ ጴጥሮስ ክርስቶስ ብመለኮቱ ዘይኮነስ ምእንታና ብሥጋ ሞተ ክብል ብሃይማኖቱ ከም ዝመስከረ፡ ንሱ ብለውሃት እግዚኣብሔር በኻ ኮሉ ኮይኑ ብሥጋ ከምዝሞተ ከምዚ ኢልና ንኣምን። ደጊሙ ውን እዚ በሊሐ ቄርሎስ 'ንሱ ብለውሃት እግዚኣብሔር ምእንቲ ኮሉ በኻ ኮይኑ ብሥጋ ሞተ' በለ። ዕብ 2፡9። 1ይ ጴጥ 3፡18።
፲፮ ኢይትሀበል መኑሂ ከመ ንሕነ ንወድቅ በሕሊና ርኩስ አው ንሔሊ ግሙራ አው ናወሥእ ቃለ በዘይብሉ እልክቱ ከመ ህላዌ መለኮት ምስለ ሥጋ ሐመ።	12 ንሕና ብከቢድ ክሕደት ንክንተጋዝ ወይ ፈጺምና ንክንሓስብ ወይ ድማ ንሳቶም ባህርየ መለኮት ምስ ሥጋ ሓመመ ንዝብልዎ ከምንዛረብ ጌሩ ሓደ እኳ ንክዛረበልና ኣይድፈር።
፲፯ እመቦ ዘይቤ ከመ ህላዌሁ ለቃል አው አካሉ ወድቀ በሕማም ኀሡር አብድ ውእቱ ዘምሉእ እምኮሉ ዕበድ ወንሕነሰ ንብል እሙነ እስመ እግዚአብሔር ቃል ኢይመውት እስመ ኢኮነ ሥጋ እመሰ ሥጋ ሰብእ ይትመተር በሐፂን አው ይውዒ በእሳት አው ይረክቦ ዘይመስሎ ለዝንቱ ኢይረክባ ለነፍስ ምንተኒ እምዝኩ በህላዌሃ እፎመ ኢይትበህል በእንተ እልክቱ ሰብእ ከመ ዕቡዳን እሙንቱ።	13 ናይ ቃል ባህሪኡ ኮነ ኣካሉ ብሕማም ተታኀዝ ዝብል እንተሎ ፍጹም ድንቁርና ዝመልኦ ዓሻ እዩ። ንሕናስ እግዚኣብሔር ቃል ኣይመውትን እዩ፡ ከመይ ሥጋ ስለ ዘይኮነ ኢልና ብሓቂ ንዛረብ። ናይ ሰብ ኣካል(ሥጋ) ብሰይፊ እንተተወቕዐ፡ ብሓዊ እንተነደደ፡ ወይ ውን ነዚ ዝመስል ጽፍዒት ኮነ ግርፋት እንተረኸቦ፥ ካብዚ ንነፍሲ ብባህሪኣ ዋላ ሓንቲ ዘይረኽባ ካብ ኮነ፡ ብዛዕባ እዞም ዘይልወጥ ባህርይ እግዚኣብሔር ቃል ሓመመ ዝብሉን ነዚ ክሕደት'ዚ ጽሒፎም

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
እሉ እለ አንበሩ ዘንተ ዕበደ ወይቤሉ እስመ ህላዌሁ ለእግዚአብሔር ቃል ቅዱስ ዘኢይማስን ሐመ።	ዘንበሩን ኣእምሮ ዘይብሎም ከምዝኾኑ ብዛዕባኡም ከመይከ ዘይንገር፡
፲፬ እመሰ ነፍስ ኢትትዌከፍ ቀኖስለ ሐጢን በከመ አቅደምኩ ነጊረ ወእፎመ ይትበህል ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሐመ በህላዌሁ እንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር አብ ዘበአማን ወግብሩ ክሡት ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ በከመ ይቤ ሐዋርያ ዓቢይ ጴጥሮስ እስመ ውእቱ ባሕቲቱ መጠወ ሥጋሁ ይሕምም ወከመዝ ጥዕመ ሞተ በእንተ ኵሉ እንዘ ለሊሁ ኢመዋቲ በህላዌሁ ወውእቱሰ ሕያው ወማሕያዊ።	14 ኣቐዲመ ከምዝበልኩዎ ነፍሲ ብሴፍ ዘይትውቃዕ ካብ ኮነት፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ደኣ እግዚኣብሔር ብሓቂ ወልደ እግዚኣብሔር ኣብ እንከሎ ከመይ ኢሉ ብባህሪኡ ሓመመ ይበሃል። ንሱ ብሥጋ መከራ ከምዝተቐበለ ነገሩ ፍሉጥ እዩ። ከምቲ ዓቢይ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝበሎ ውን ንሱ ባዕሉ ጥራይ ንክሓምም ሥጋኡ ንሕማም ሂቡ እዩ'ሞ፣ ንሱ ብባህሪኡ ዘይመውት እንከሎ ምእንቲ ኵሉ ሰብ ከምዚ ኢሉ ሞት ተቐበለ። ንሱስ ሕይወት እዩ፣ መድኃኒ ውን እዩ።
፲፭ ይምጻእ ማዕከሌነ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ዘይቤ በድርሳኑ ዘነበበ በእንተ ጥምቀት እስመ ውእቱ ኢሐማሚ በመለኮቱ እንዘ ውእቱ ሐማሚ በሥጋ ወከመዝ ዓዲ ይቤ ቅዱስ ባስልዮስ በድርሳኑ ዘነበበ በእንተ አኰቴት እስመ ለክርስቶስ ተዐሥረ በሕማም አባሉ ወተዐሥረ መለያልይሁ ሶበ ደክመ በፍኖት ወአኮ በመለኮቱ ዘወድቀ በሕማም ዘይትኰለቀኑ ሎቱ በህላዌሁ ሥጋ።	15 ብዛዕባ ጥምቀት ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፣ ብሥጋ ሓማሚ ክኸውን ከሎ ብመለኮቱ ግና ዘይሓምም ከምዝኾነ ዝተዛረበ ሓድነትን ሰለስትነትን ዝመሃረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኣብ መንኖና ንምስክርነት ይምጻእ። ከምኡ ውን ቅዱስ ባስልዮስ ብዛዕባ ተዋሕዶ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፣ ናይ ክርስቶስ ኣካሉ ብሕማማተ መስቀል ተታጎዘ፣ መንገዲ ብምኻድ ምስ ደኸመ ውን እግሩ ብርኩ ብሕማም ተኣሠረ። ግና ብባህርየ ሥጋ ኣብ ዝንገረሉ፣ ብሕማም ኮነ ብድኻም ዝተታጎዘ ብመለኮቱ ኣይኮነን በለ።
፲፮ ወዓዲ ይቤ ቅዱስ አብረቅሊስ በድርሳኑ ዘነበበ በእንተ ቶማስ ሐዋርያ አንተ ዘኢተሐምም በመንፈስ ወአንተ ሐማሚ በሥጋ ወሊቀ አበው ሳዊሮስ ይቤ በመልእክቱ ኀበ አንተራኒቆስ እልፈትሮኮስ እስመ ክርስቶስ ሞተ በእንቲአነ በሥጋ እንዘ ሕያው ውእቱ በመንፈስ ።	16 ከምኡ ውን ቅዱስ ኣብረቅሊስ ብዛዕባ ሓዋርያ ቶማስ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፣ ብመለኮት ዘይትሓምም ብሥጋ ዝሓመምካ ንሸኻ ኢኻ በለ። ሓለቃ ሊቃውንት ሳዊሮስ ድማ ናብ ኣንተራኒቆስ እልፈትሮኮስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፣ ክርስቶስ ብመለኮት ዘይመውት ሕያው እንከሎ ምእንታና ብሥጋ ከምዝሞተ ተዛረበ።
፲፯ እስመ ሶበ ተሰብከ በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ሐመ ወሞተ በሥጋ አእመርነ ገሃደ ከመ ውእቱ ሐማሚ በሥጋ ወውእቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮት ወአኮ ፍሉጥ ኀበ ፪ቱ	17 ብዛዕባ ክርስቶስ ብሥጋ ከምዝሓመመን ከምዝሞተን ምስ ተነግረ፣ ብሥጋ ዝሓምም ብመለኮት ግና ዘይሓምምን ዘይመውትን ከምዝኾነ ብግህዶ ፈለጥና። ድጎሪ ዘይምርመር ተዋሕዶ ናብ ክልተ

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ህላዌያት ወኢ፟ነበ ፪ቱ ገጻት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር።	ባህርያት ናብ ክልተ ኣካላት ዝተፈልየ ኣይኮነን።
፲፰ ወፈቀድነ ናንብር ለክሙ ብዙኀ በእንተ ዝንቱ ወይእዜኒ ናሁ ተከሥተ ግብሩ በእሉ ስምዐታት ዘአይዳዕናክሙ ከመ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሥጋ ወሐመ በሥጋ እሙነ ወበመለኮቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ለግሙራ ወዳእሙ ኢድማሬ ህላዌያት ይሄሉ ዘልፈ ጽኑዐ በኵሉ ጊዜ ከመ ውእቱ ዘአልቦቱ ቱስሕት ወኢተውላጥ ግሙራ።	18 ስለዚ ብዙኅ መሰኻክር ጽሒፍና ከነቐምጥ ፈቲና ኔርና። ሕጂ ውን በዞም ዝነገርናኩም መሰኻክር፡ እግዚኣብሔር ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ብሥጋ ውን ብሓቂ ከምዝሓመመ ብመለኮቱ ግና ፈጺሙ ዘይሓምምን ዘይመውትን ከምዝኾነ እንሆ ነገሩ ተፈልጠ ተገልጸ። ግና ንሱ ምልዋጥ ኮነ ምትሕውዋስ ዘይብሉ ከም ዝኾነ፡ ናይ ባህርያት ዘይምትሕውዋስ ድማ ንዘለዓለም ጸኒዑ ይነብር።
፲፱ ወአኮ ብእሲ ባሕቲቱ በእንቲኣነ አላ እንዘ አምላክ ውእቱ ኮነ ሥጋ እምድንግል ማርያም ቅድስት ድንግል ወሐመ በእንቲኣነ በሥጋ በከመ ይቤ ቅዱስ ፊልክስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሮሜ ሶበ ተናገረ በእንተ ትሥጉት ወሃይማኖት ንሕነ ናወግዞሙ ለእለ ይብሉ እስመ መለኮት ሐማሚ አው መዋቲ ወእለ ይብሉ ከመ ክርስቶስ ዕራቁ ብእሲ ዘተሰቅለ በእንቲኣነ ወአኮ እግዚአብሔር ዘበአማን በፍጹም አካሉ።	19 ኣምላኽ እንከሎ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ሥጋ ተዋሒዱ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ እምበር ምእንታና ዝሓመመ እቲ ሰብ ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ሮማ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ፊልክስ ውን ነገረ ምሥጢረ ሥጋዌን ሃይማኖትን ኣብ ዝተዛረበሉ ጊዜ፥ ‹ነቶም መለኮት ሓማሚ መዋቲ እዩ ዝብሉ፡ ከምኡ ውን ምእንታና ዝተሰቐለ ክርስቶስ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ብፍጹም ኣካሉ ፍጹም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ኣይኮነን› ንዝብሉ ነውግዞም ከምዝበለ።
፳ ወነአምን እስመ ዘሐመሰ በእንቲኣነ አምላከ ጽድቅ ውእቱ ወይሄሉ እንበለ ሕማም በመንፈስ ወዝንቱ ክሡት በኵሉ መካን ዘተጽሕፈ ቦቱ ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ አው ጥዕመ ሞተ አው ካልእ ግብር ዘከመዝ ወለእመ ይቤሉ መጻሕፍት በሥጋ ሐመ እሙንቱሰ ይቤሉ ከመ ውእቱ ሐመ በመለኮቱ አላ ውእቱ አምላክ ህልው ምስለ ሥጋሁ በ፩ዱ አካል ፍጹም።	20 ምእንታና ዝሓመመ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ብመለኮቱ ውን ብዘይ ሕማም ከምዝነብር ንኣምን። እግዚኣብሔር ቃል ከምዝሓመመ ኮነ ከምዝሞተ ካልእ ውን ከምዚ ዝበለ ሥራሕ ኣብ ዝተጻሕፈሉ ዓንቀጽ ኵሉ እዚ ግሉጽ እዩ። መጻሕፍቲ ‹ብሥጋ ሓመመ› እንተ በሉ መናፍቓን ግና ‹ብመለኮቱ ሓመመ› ይብሉ። ንሱስ ምስቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ፍጹም ሓደ ኣካል ብምኻን ብዘይምልዋጥ ጸኒዑ ዝነብር ኣምላኽ እዩ።
፳፩ ዝንቱ ሶበ ሐመ በሥጋሁ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘሐመ ወበከመ ሶበ ይትቀተል ዘከማነ ሰብእ አኮ ነፍስ በህላዌሃ ዘትትቀተል ወኢሂ ትመውት ወሶበ ይትቀተል ሰብእ ይበጽሕ መዊት ላዕለ ኵለንታሁ ወይትበሀል እስመ ሰብእ ሞተ ከመዝ ነአምን እስመ	21 ንሱ ክርስቶስ ብሥጋ ምስ ሓመመ፥ እቲ ዝሓመመ ንሱ ባዕሉ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ከማና ዝበለ ሰብ እኳ ኣብ ዝሞተሉ ጊዜ ነፍሲ ብባህሪኣ ከምዘይትመውት፡ ሰብ ውን ምስ ሞተ እቲ ሞቱ ንነፍስን ሥጋን ብሕብረት ከምዝነገር እቲ ሰብ ኸኣ ሞተ ከምዝበሃል፡ ከምኡ ድማ ኣብ ጊዜ ሕማምን

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
በሕማም ወስቅለት ወሞት ወተቀብሮ ኢተፈልጠ እግዚአብሔር ቃል እምሥጋ ወነፍስ ወኢወፅአ እምኔሆሙ ግሙራ።	ስቅለት ሞትን መቃብርን እግዚአብሔር ቃል ካብተን ዝተዋሓደን ነፍስን ሥጋን ከምዘይተፈልየ፣ ሰብ ናብ ምሳን ውን ከምዘይተለወጠ ንኣምን ኢና።
፸፪ በከመ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ እስመ ዘተዋሐደ ኢተፈልጠ ኀበ ፪ቱ ክፍል በመዋዕለ ሥርዓቱ ወእምዝ ዓዲ ይቤ እስመ መለኮት ፈለጠ ነፍሶ እምሥጋሁ በፈቃዱ ወአርአየ ርእሶ እንዘ ይትዋ ሐድ በነፍስ ወሥጋ። ግብ ሐዋ ፩፡፫።	22 ከምቲ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ጎርጎርዮስ፥ ‹ሰብ ዝኾነ ኣካላዊ ቃል ሥራሕ ሰብነት ኣብ ዝሠርሓሉ ጊዜ ናብ ክልተነት ኣይተኸፍለን። ብድጎር'ዚ ድማ መለኮት ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ብፍቓዱ ፈለየ። ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ውን ንርእሱ ገለጸ› ዝበሎ እዩ። ግብ ሓዋ 1፡3።
፸፫ ውቴዎዶጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘዕንቄራ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ እንበለ ሙስና ወአኮ እንከ እሙንቱ ፪ቱ።	23 ናይ ዕንቄራ ኤጲስቆጶስ ቴዎዶጦስ ውን እግዚአብሔር ከይተለወጠ ምስ ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ድጎሪ ተዋሕዶ ውን ክልተ ከምዘይኮኑ ተዛረበ።
፸፬ ወኢትናቴዎስ ሐዋርያዊ ይቤ በድርሳኑ ዘነበበ በእንተ እሉ አርዮሳውያን እስመ እግዚአብሔር ውእቱ አስተንፈረ ኃጢአት በዲበ ምድር ወአእተተ መርገመ በዲበ መስቀል ወነሠተ ሙስና በውስተ መቃብር ወአብጠለ ሞተ በውስተ ሲኦል ወበዚኦሉ መካን ዘኮነ ቦቱ ገብረ ለነ መድኃኒተ።	24 ሓዋርያ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ውን ናይዞም ኣርዮሳውያን ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፥ ኣምላኽ ስለዝኾነ ኣብዚ ዓለምዝ ኃጢኣት ኣጥፍኡ። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ውን ፍዳ ኃጢኣት ኣጥፍኡ። ኣብ መቓብር ውን ፈሪስካ በስቢስካ ምትራፍ ኣጥፍኡ። ኣብ ሲኦል ውን ሞተ ነፍስ ኣጥፍኡ። ኣብ ዅሉ ዝሠርሓሉ ቦታ ድኀነት ገበረልና።
፸፭ ሶበ ፈቀደ አምላክነ ገባሬ ኵሉ ልደተ እምብእሲት ወዐቅመ አካል ወጎልቈ ዓመታት ወተሰቅሎ ወመዊት ወተቀብሮ ወወረደ ውስተ ሲኦል አኮኑ በእንተ ድቀትነ በእሉ ኵሎሙ ቤዘወነ ወእምድኅረ ሰላመ ርእሱ ባልሐነ ። ኤፌ ፪፡፲፫-፲፱።	25 ንዅሉ ዝፈጠረ ኣምላኽና ካብ ድንግል ክውለድ፣ ብሓፂር ቁመት ብጸቢብ ደረት ክውሰን፣ ዘመን ክቕጸረሉ፣ ክስቀል፣ ኣብ ከርሠ መቓብር ክኃድርን ናብ ሲኦል ክወርድን ኣብ ዝፈቐደሉ ጊዜ፡- ብፍዳ ተታጒዝና ስለዝነበርና በዚ ኵሉ ዝተበጀወና ኣይኮነን። ርእሱ ካብ ዝዕ ረቐና ንደኃር ኣድኃነና። ኤፌ 2፡13-19።
፸፮ ወመለኮትሰ ኢሐመ በሕማም ወኢተረግዘ ገቦሁ በኵናት ከመ ኢይበል መኑሂ በኢያእምሮ ከመ መለኮት ደክመ አው ሐመ በህላዌሁ ይእተ ጊዜ ወባሕቱ አነ እፈክር ለክሙ ዘንተ እስመ ጠቢብ ቄርሎስ ይቤ ከመ ሶበ ይትወደይ ሐፂን ውስተ ላህበ እሳት ይትቄከፍ ሐፂን ላህበ እሳት በተዋሕዶቱ ምስሌሁ ወሶበ	26 መለኮት ግና ብሕማም ኣይሓመመን፣ ጐድኑ ውን ብኵናት ኣይተወግኣን፣ 'ሽዑ መለኮት ብባህሪኡ ደኸመ ሓመመ' ኢሉ ሓደ እኳ ብዘይፍላጥ ከይዛረብ። እንተኾነ ግና ኣነ ነዚ ተርጕመ እነግረኩም ኣሎኹ፥ ሓፂን ናብ ሓዊ ምስ ኣተወ፣ ምስኡ ተዋሒዱ እቲ ሓፂን ናይቲ ሓዊ ሙቐት ብርሃንን ረስንን ናቱ ከም ዝገብር፣ እቲ ሓፂን ምስ ተወቐዐ ውን ምስቲ ሓዊ ብተዋሕዶ

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ይዘበጥ ሐፄን ምስለ እሳት ጎቡረ ይትዌከፍ ዝብጠተ ወኢይትዔመፅ ህላዌ እሳት ምንትኒ እምነ ዝብጠት።	ከምዝውቃዕ ግና ናይ ሓዊ ባህርይ ብዝኾነ ነገር ከምዘይንካእ እቲ ፈላጥ ቁርሎስ ተዛሪቡ ኣሎ።
፳፯ አኮ ውእቱ ባሕቲቱ ዘዘከረ ምሳሌ ሐፂን ዓዲ ንስምየ ለጠቢብ ባስልዮስ እንዘ ይብል በአይ አምሳል ይትሜሰል መለኮት በትስብእት እስመ ይቤ ይመስል እሳተ በሐፂን።	27 ምሳሌ ሓፂን ዝተዛረበ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን። ከምኡ ውን ፈላጥ ባስልዮስ፥ ምስ ትስብእት ዝተዋሓደ መለኮት ብምንታይ ኣምሳል ይምሰል፡ ክብል ንስምዓዮ። ምስ ሓፂን ዝተዋሓደ ሓዊ ይመስል እምበር ኢሉ ኣሎ።
፳፰ ወካዕበ ይቤ ምሳሌ ዘከመ እፎ ይመልእ እግዚአብሔር ቃል በድካመ ሥጋ እስመ እሳት ኢይነሥእ አምሳለ ሐፂን እስመ ሐፂን ጸሊም ወዘአልቦቱ ነፍስ ወባሕቱ ሶበ ይመልእ እሳተ ይለብስ እሳተ ወይፀድል ቦቱ ወኢይከውን እሳት ጸሊመ በእንቲአሁ አላ ሐፂን ይልህብ ወእሳቱሂ ኢይጠፍእ ወከማሁ ዓዲ ትስብእት ዘተወክፎ መለኮት።	28 ከምኡ ውን ከመይ ኢሉ እግዚኣብሔር ቃል ንድኹም ሥጋ ከምዝተዋሓደ ምሳሌ ተዛረበ። ጸሊም ሓፂን ነፍሲ ስለዘይብሉ እቲ ሓዊ ሓፂንነት ኣይወሰደን። ምስ ሓዊ ምስተዋሓደ ግና ልክዕ ሓዊ ይመስል። በቲ ሓዊ ውዑይ ብሩህ ይኸውን። እቲ ሓዊ ውን ምስቲ ሓፂን ስለዝተዋሓደ ሓፂን ኣይልወጥን። ግና እቲ ሓፂን ይረስን እቲ ሓዊ ውን ኣይጠፍእን። እቲ መለኮት ዝተዋሓዶ ባህርየ ሥጋ ድማ ከምኡ እዩ።
፳፱ ወዳእሙ ኢየሐሊ መኑሂ ወኢይበል እስመ ዘከመ ይትፈለጥ እሳት እምነ ሐፂን ተፈልጠ መለኮት እምትስብእት አመ ሕማማቲሁ ሐሰ እስመ አኮ አምሳለ ሐፂን ይትሜሰል በኵለንታሁ ትስብእት አላ በሥጋ ባሕቲቱ እስመ ሐፂን በእሳት እንበለ ነፍስ ወለእግዚእነሰ ክርስቶስ መልአት ነፍሱ ወሥጋሁ መለኮተ ፍጹመ።	29 እንተኾነ ግና ሓደ እኳ 'እቲ ሓዊ ካብቲ ሓፂን ከምዝፍለ፥ ኣብ ጊዜ ሕማሙ ውን መለኮት ካብ ትስብእት ተፈልዩ እዩ' ኣይበልን ኣይሕሰብን። ‹ተፈልየ› ክብሉ ኣይግባእን እዩ። ናይ ሓፂን ምሳሌ ብሥጋ ጥራይ እምበር ብነፍስን ሥጋን ዝምሰል ኣይኮነን። ከመይ ምስ ሓዊ ዝተዋሓደ ሓፂን ነፍስ ስለዘይብሉ እዩ። ናይ ጐይታና ክርስቶስ ግና ነፍሱን ሥጋኡን ፍጹም መለኮት ዝተዋሓደ እዩ።
፴ ወካዕበ ይቤ ዘከመ ሐፂን ሶበ ይዘበጥ በሴፈልያ ኢየሐምም እሳት ከማሁ እግዚእነ ክርስቶስ ሶበ ተዘብጠ ሥጋሁ ኢሐመ መለኮቱ በምንትኒ ወሐልዮስ ከመ መለኮት ሐመ ሐልዮቱ ለአርዮስ ውእቱ።	30 ከምኡ ውን ሓፂን ብመዶሻ ምስ ተወቕዐ እቲ ሓዊ ኣይንካእን እዩ። ጐይታና ክርስቶስ ውን ከምኡ ሥጋኡ ምስተወቕዐ መለኮቱ ዋላ ሓንቲ ኣይረኸቦን፥ መለኮት መከራ ከምዝተቐበለ ምዝራብሲ ሓሳብ ኣርዮስ እዩ።
፴፩ ለቡ ዘይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በመልእክቱ ቀዳማይ ጎበ አቅላንድዮስ እንዘ ይብል ኢትቅንኡ ላዕሌነ በእንተ መድኃኒትነ ፍጽምት ወኢትረስይዎ ለመድኃኒነ ክርስቶስ አዕፅምተ ወአሥራው ወአርአያ ወሥጋ ባሕቲቶ	31 ሓድነትን ሠለስተነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ ናብ አቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኾ ቀዳማይ መልእክቱ፥ ብዛዕባ እታ ፍጽምቲ ድኅነትና መንቀኖታት ኣይትኹኑኒ። ‹ንመድኃኒና ክርስቶስ ውን ኣዕፅምቲ፥ ሠራውር፥ ነፍሲ ዘይብሉ ሥጋ ጥራይ ኣይትግበርዎ› ክብል ዝተዛረቦ ኣስተውዕል። ነፍስ ዘይብሉ እንተኾይኑስ

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
ዘእንበለ ነፋስ እመሰ ኮነ እንበለ ነፍስ ይከውን አምሳለ ሐዊን ሶበ ይትመላእ እሳት እምኮሉ ፍና ወውእቱ እንበለ ነፍስ ወእመ አኮሰ ይከውን ከመ ንባበ ሰብኡ ለአርዮስ እለ ይብሉ አልቦቱ ነፍስ ከመ ያብጽሑ ሕማመ ሞት ላዕለ መለኮት ሐሰ ከመ ይኩን ዝንቱ።	ከምቲ እሳት ዝተዋሓዶ ምሳሌ ሓዊን ብኮሉ ወገን ዝተተኻኸለ ይኸውን። ከመይ ሓዊን ነፍስ ስለዘይብሉ እዩ። ብዘይ እዚ ግና ከም ኣዘራርባ እቶም ሕማምን ሞትን ንመለኮት ሂቦም ንክዛረቡ ‘ነፍሲ የብሉን’ ዝብሉ ወገናት ኣርዮስ እዩ ዝኸውን። እዚ ግና ፈጺሙ ክበሃል ኣይግባእን እዩ።
፴፪ ወአትናቴዎስሂ ሐዋርያዊ ይብል በድርሳኑ ዘተቃወመ ቦቱ ሰብአ ለአቡሊናርዮስ አርዮሳውያንሰ ከንቶ ይትጌበሩ ያብጽሑ በኢአሚን ፍካሬ ሞት ዲበ መለኮት ዘኢይመውት።	32 ንሓዋርያት ዝመስል ኣትናቴዎስ ውን ነቶም ሰዓብቲ ኣቡሊናርዮስ ኣብ ዝተከራኸረሉ ድርሳኑ፥ 'ኣርዮሳውያን ድማ ቡቲ ዘይምእማኖም ነቲ ሞት ዘይብሉ መለኮት ሕማምን ሞትን ሂቦም ንክዛረቡ ተኸንቱ ይደኽሙ' በለ።
፴፫ ወካዕበ ይቤ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለእስክንድርያ በመልእክቱ እንዘ ሀሎ በጋግራ ዘጸሐፈ ጎበ በርጢር ይቤ አንሰ ረከብኩ ነገረ እንዘ አነብብ በመጻሕፍቲከ እንተ ፈነውከ ምስለ ሰብእ መትህላን እለ ኢኮኑ ፍጹማነ ወአልቦሙ አእምሮ ጥዩቀ እለ እሙንቱ ይሔልዩ ምክሮ ለአቡሊናርዮስ ወይብሉ ከመ ቃል ሞተ ወኢናንክር እምእሉ እስመ ናሁ ተፈጸመ ኃፍረቶሙ።	33 ከምኡ ውን ኣሚኑ መከራ ዝተቐበለ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ኣብ ጋግራ ከሎ ናብ በርጢር ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ 'ምስቶም ፍጹማን ዘይኮኑ ፍልጠት ዘይብሎም ተጠራጠርቲ ዝለኣኽካዮም መጻሕፍትኻ ከንብብ ከለኹ ኣነ ሓደ ነገር ረኸብኩ' በለ። ንሳቶም ድማ ንክሕደት ኣቡሊናርዮስ ጎዚም፡ ቃል ሓመመ ሞተ ዝብሉ እዮም። ግና እዚ ዘጎፍር ክሕደቶም ሕጂ ተፈጺሙ እዩ እሞ በዚኣቶም ኣይንግረምን።
፴፬ ወለነሰ ይደልወነ ንምላሕ ወናውዕእ ኮሎ ዘይብል እግዚአብሔር ቃል ሐመ በመለኮት አው ሞተ እስመ ናሁ ኮኑ ነኪራነ እምሃይማኖትነ ርትዕት ወናወ ጽአሙ እምዓፀድነ እስመ ኢኮኑ እምነ መርዔትነ።	34 ንሕናስ እግዚኣብሔር ቃል ብመለኮቱ ሓመመ ሞተ ዝብል ኮሉ ኣውጊዝና ክንፈልዮ ይግባእ። ሕጂ ካብዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትና ስለዝተፈልዩ ካብ ጉባኤና ክንፈልዮም ይግባእ። ምኽንያቱ ካብ ወገናትና ምእመናን ኣይኮኑን።
፴፭ ወዳእሙ እሙንቱሰ ይሔልዩ ዘንተ አሐደ ሕሊና ምስለ እለ አቅደምነ ወነገርነ አስማቲሆሙ ወእሙንቱ አርዮስ ወአቡሊናርዮስ ወገናዳቢሳውያን ወእሉ እጉዛን በበይናቲሆሙ ወገነናዳቢሳውያን ይብሉ ሐመ መለኮት ምስለ ትስብእት ኀቡረ ንሕነሰ ኢነአምን ከመዝ አላ ነአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሥጋ እሙነ ወነበረ ዘእንበለ ሕማም ወኢሞተ በመለኮቱ ግሙራ።	35 እምበኣር እዞም ኣቐዲሞና ኣስማቶም ዝጸዋዕናዮም፡ ምስ ሰዓብቲ ኣርዮስን ኣቡሊናርዮስን ገናዳቢስን ነዚ ሓደ ዓይነት ክሕደት ይዛረቡ ኣለዉ። እዚኣቶም ከኣ ነሓድሕዶም ብክሕደት ዝተታኘዙ ዝመሳሰሉ እዮም። እቶም ሰዓብቲ ገነናዳቢስ ውን መለኮት ምስ ሥጋ ሓቢሩ ሓሚሙ ዝብሉ እዮም። ንሕና ግና ከምዚ ኢልና ኣይንኣምንን። እግዚኣብሔር ቃል ብሓቂ ሥጋ ከምዝተዋሓደ ብመለኮት ግና ፈጺሙ ሕማም ሞት ዘይብሉ ምኻኑ ንኣምን እምበር።

ዘብንያሚ ም. ፹፱	ዘብንያሚ ም. 89
፴፮ ወባሕቱ ቦ እለ ይሔልዩ በዕበዶሙ ወይብሉ እመሰ ንቤ ከመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ ወአኮ በመለኮት ንትረከብ በዝንቱ ንባብ ስንዕዋነ ምስለ ሰብአ ማኅበረ ኬልቄዶን ወንሕነኒ ናወሥኦሙ እንዘ ንብል እስመ ቅዱስ ቄርሎስ ጸሐፈ እንዘ ይብል ኢይትከሀል ንርሓቅ ወንጉየይ እምኵሉ ዘይብሉ ዐላውያን እስመ እሙንቱ ይትአመኑ ብዙኅ ዘከመ ይደሉ ወዳእሙ ንርሓቅ እምዕ ልወቶሙ።	36 በቲ ድንቁርናኦም ድማ ክርስቶስ ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ሓመመ እንተበልና፥ በዚ ዘረባዚ ምስቶም ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ መናፍቓን ሓቢርና ንርከብ ኣሎና ዝብሉ ኣለዉ። ንሕና ድማ ከምቲ ቅዱስ ቄርሎስ፥ 'ንሳቶም ከምቲ ዝግባእ ብዙኅ ነገር ስለዝኣምኑ ካብ ክሕደቶም ንርሓቕ እምበር፥ እዞም መናፍቓን ካብ ዝብልዎ ኵሉ ፈጺምና ክንርሕቖ ኣይከኣልን እዩ' ክብል ጽሒፉ እዩ ብምባል ክንምልሰሎም ኢና።
፴፯ እመሰ ሰብአ ማኅበረ ኬልቄዶን ይትአመኑ ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ በሥጋ ወአኮ በመለኮት ወንሕነኒ ነንብር ምስሌሆሙ በዝንቱ ወእመሰ ይብሉ ፪ቱ ህላዌያት ወይከፍልዎ ለወልድ ኀበ ፪ቱ አካላት ወይሬስይዎ ክልኤተ ኢነንብር ምስሌሆሙ።	37 እዞም ወገናት ማኅበረ ኬልቄዶን፥ 'እግዚኣብሔር ቃል ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ከምዝሓመመ' እንተደኣ ኣሚኖም ንሕና ድማ በዚ ነገር'ዚ ምስኣቶም ክንሓብር ኢና። ክልተ ባህርይ እንተደኣ ኢሎም፥ ነቲ ሓደ ወልድ ውን ናብ ክልተ ኣካላት እንተ ደኣ ከፊሎምዎ፥ እንተ ደኣ ክልተ ኢሎም ግና በዚ ምስኣቶም ኣይሓብርን ኢና።
፴፰ እስመ አበዊነ ሰመይዎ በኵሉ ገጸ መካን ለህላዌ አካል በከመ ይቤ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በመልእክቱ ኀበ አውናንዮስ ወረሰየ ህላዌ አሐደ አካለ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ወዘይክሕድ ዘንተ ተቃራኒሁ ለእግዚአብሔር ውእቱ ወዳእሙ ለአበዊነ ቅዱሳን ንጹሐን።	38 ኣቦታትና ኣብ ዓንቀጽ መጽሓፍ፥ ንህላዌ-ኣካል ይብልዎ እዮም እሞ፥ ከምቲ ንሓዋርያት ዝመስል ቅዱስ ኣትናቴዎስ ናብ ኣውናንዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ ነቲ ፍጹም ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል፥ ህላዌ ዝበሎ እዩ። ነዚ ዝኽሕድ ንእግዚኣብሔር ዝቃወም ናይ ቅዱሳን ንጹሓን ኣቦታትና ተቓዋሚ እዩ።
፴፱ ወካዕበ ይቤ ቅዱስ ወጠቢብ ቄርሎስ በእንተ ጽርፈተ ታኦድሪጦስ እስመ ህላዌሁ ለቃል ወአካለ ኢይትበሀል ካልእ ዘእንበለ አካለ ርእሱ ባሕቲቱ ዝውእቱ ቃል ንሕነሰ ነአምን እምድኅረ ተዋሕዶ አሐደ ህላዌ ዘከመ አካል ዘውእቱ ፩ዱ አካል ዘወልድ ዋሕድ በ፩ዱ ግብር ወቦ ብዙኅ ፍልጠት ማዕ ከሌነ ወማዕከሌሆሙ ለዐላውያን።	39 ከምኡ ውን እዚ ፈላጥ ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ ክሕደት ታኦድሪጦስ ነቒፉ ክዛረብ ከሎ፥ 'ናይ ቃል ህላዌኡ ካብ ኣካሉ ፍሉይ እዩ ኣይበሃልን፥ ባዕሉ ኣካሉ እዩ እምበር፥ እዚ ድማ ቃል እዩ' በለ። ንሕና ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ሓደ ህላዌ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ንኣምን። እዚ ድማ ብሓደ ግብሪ ዝጸንዐ ናይ ወልድ ዋሕድ ሓደ ኣካል እዩ። ኣብ መንነናን ኣብ መንነ መናፍቓንን ብዙኅ ፍልልይ ኣሎ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ዘዮሐንስ ም፡ ፯	ዘዮሐንስ ም፡ 90
ምዕራፍ ፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 90 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ አብ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ በጦማረ መልእክቱ፡ ኀበ ቅዱስ ኪራኮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ቅዱስ በመለኮት ዘይሴብሕዎሙ ሐራ ልዑላን እንበለ ዕረፍት ወጽርዐት ወይሰብክዎሙ እለ ብዙኃነ አዕይንት ። ኢሳ ፮፡፩-፬። ራእ ዮሐ ፬፡፩-፲፩።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ አባ ዮሓንስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት አባ ኪራኮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእክቱ ከምዚ በለ፥ ምርኣይ ዘይሰኣኖምን ምሥጢር ዘይክፈሎምን ሱራፌል ዘረድእዎም ረቂቃን መላእክቲ ብዘይ ዕረፍቲ ብዘመስግንዎም፡ ብባህርይ ሓደ ብኣካል ሠለስተ ዝኾኑ **ብአብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ** ንኣምን። ኢሳ 6፡1-4። ራእ ዮሓ 4፡1-11።
፪ እስመ አብርሃም ርእየ ሠለስተ ዕደወ ፩ዱ ምልክና ወጎተመ ዘንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዲበ ኵሉ ገጸተ ሰብእ ሶበ ይቤ ለአርዳኢሁ እምድኅረ ሥርዓት አመ መሀሮሙ ምሥጢረ መለኮት ሑሩ ወመሀሩ ኵሎ አሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ። ራእ ዮሐ ፲፬፡፩። ማቴ ፳፰፡፲፱-፳።	2 ኣብርሃም ሠለስተ ሰብኣይ ብሓደ ጐይትነት ርእዩ እዩ እሞ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ድኅሪ ትንሣኤኡ ምሥጢረ መለኮቱ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ዝመሃረሉ ጊዜ፥ ኪዱ ንኵሎም ኣሕዛብ መሃሩ፡ ብስም **አብን** ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከኣ ኣጠምቕዎም ብምባል ነዚ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ኃተሞ። ራእ ዮሓ 14፡1። ማቴ 28፡19-20።
፫ ወለነሂ ዓዲ ይደልወነ ንክሥት አዕይንተ አልባቢነ በ፫ቱ ቅዳሴያት ከመ ዳንኤል ዘአርኀወ መስኮተ ቤቱ በ፫ቱ ጸሎታት ከመ ንርከብ ስብሐተ መለኮት ጽዱቀ እንዘ ንለብስ ከመ ጳውሎስ ሠለስተ ትሩፋተ ክቡራተ ሃይማኖተ ዘአብ ወተስፋ ዘወልድ ወፍቅረ ዘመንፈስ ቅዱስ እንተ ይእቲ ፍጻሜ ሕግ እስመ ፍሬሁ ለፍቅር ዘመንፈስ ቅዱስ ይእቲ ሃይማኖት ። ዳን ፮፡፲። ፩ቆሮ ፲፫፡፲፫።	3 ከምቲ ዳንኤል ንጸሎት ሠለስተ ጊዜ መስኮት ቤቱ ዝኸፈተ፡ ንሕና ውን ብሠለስተ ምስጋናታት(ቅዳሴያት) ዓይነ ልቡናና ክንከፍት ይግባእ። እዚ ኸኣ ከም ጳውሎስ ነቶም ሠለስተ ክቡራት ትሩፋት ማለት ናይ **አብ ሃይማኖት**፡ ናይ ወልድ **ተስፋን**፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ **ፍቕርን** ለቢስና፡ ርዱእ ክብሪ መለኮት ምእንቲ ክንረክብ እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ እትሥራሕ ፍረ ፍቕሪ ሃይማኖት ስለ ዝኾነት እዚኣ መፈጸምታ ሕጊ እያ። ዳን 6፡10። 1ይ ቆሮ 13፡13።
፬ ወንሕነኒ ነአምን በአብ ወወልድ ወነአምን ዓዲ በመንፈስ ቅዱስ ወበከመ ንሴፈዎ ለወልድ ከማሁ ንሴፈዎሙ ለአብ ወለመንፈስ ቅዱስ ወናፍቅሮ ለመንፈስ ቅዱስ ምስለ አብ ወወልድ ወንፌጽም እምነተ በፍቅር ዘበአማን ወሠለስቲሆሙ ፩ዱ መለኮት እሙንቱ ወለእመኒ ኮኑ አካላት ፍሉጣነ በአስማት።	4 ንሕና ውን ብአብ ብወልድ ከምኡ ውን ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ንወልድ ተስፋ ከም እንገብሮ ከምኡ ውን ንአብን ንመንፈስ ቅዱስን ተስፋ ንገብሮም። ንመንፈስ ቅዱስ ውን ምስ **አብን** ወልድን ንፈትዎ ኢና።ብሓቀኛ ፍቕሪ ንሃይማኖት ፍጹም ንገብር። ኣካላት ብስም ፍሉያት ክኾኑ ከለዉ ሠለስቲኣም ሓደ መለኮት እዮም።

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
፮ ወበከመ መሀረ ቅዱስ ሳዊሮስ ዘኮነ ጽኑዐ በኵሉ መዋዕለ ሕይወቱ እንዘ ያነብብ መጻሕፍተ አበዊነ ዐበይት ነባቢያነ መለኮት ወይቤ በመልእክቱ ኀበ አንስጣስዮስ አእምን በ፩ዱ አምላክ ወአአምር ተዋሕዶተ በእንተ ፩ዱ መለኮት ዘ፫ቱ አካላት በአሐቲ ክብር በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ወተዋሕዶኒ ወሥላሴኒ ፫ቱ አካላት ዘበአሐዱ መለኮት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	5 እቲ አብ ኮሉ መዋዕል ሕይወቱ ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ፡ ናይቶም ብዛዕባ መለኮት ዝዛረቡ ዓበይቲ አቦታትና መጻሕፍቲ ዘንብብ ዝነበረ ቅዱስ ሳዊሮስ ከም ዝመሃረና፡ ናብ ኣንስጣስዮስ አብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፡ 'ብሓደ አምላኽ እኣምን፡ ሓድነት አብ ሠለትነት ከምኡ ውን ሠለስትነት አብ ሓድነት ከም ዘሎ እፈልጥ እየ' በለ። ሓድነት ከኣ መለኮት ናይቶም ብኽብሪ ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ አካላት ሓደ ስለዝኾነ እዩ። ሠለስትነት ድማ እቶም ብሓደ መለኮት ጸኒያም ዝነብሩ አካላት ሠለስተ ስለዝኾኑ እዮ። አካላት ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።
፯ እስመ ምሥጢረ ሥላሴ ይትሌለይ በአካላት ወኢይትሌለይ በመለኮት ወንሰብክ ሰጊደ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ በከመ አቅደምኩ ወእቤ እስመ ቦሙ ይከውን ተፍጻሜተ ጥምቀት በሃይማኖት ወለእመኒ ንሰምዮሙ ለ፫ቱ አካላት በ፫ቱ አስማት ኢንፈስዮሙ ፫ተ አማልክተ ወኢይከውን ዝንቱ አላ ፩ዱ አምላክ ውእቱ አብ ምስለ ወልዱ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ እምቀዲሙ ዘእንበለ ፍልጠት ወዘእንበለ መዋዕል እስመ እምአብ እሙንቱ ወኢኮኑ እምድኅረሁ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ህልዋን እሙንቱ ቅድመ እምቅድመ መዋዕል ኀቡረ ወእስከ ለዓለም። መዝ ፺(፹፱)፡፪።	6 ምሥጢረ ሥላሴ ብኣካላት ይፍለ ብመለኮት ግና ስለዘይፍለ እዩ። ንአብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ስግደት ከም ዝግባእ ንምህር ኢና። ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ ብሃይማኖት ዝግበር ናይ ጥምቀት ፍጻሜ ብሠለስተ ስም እዩ። ነዞም ሠለስተ ኣካላት ብሠለስተ ኣስማት እኳ እንተጸዋዕናዮም ሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይንብሎምን። እዚ ዘይከውን እዩ። ሓደ ኣምላኽ እዩ እምበር። እዚ ድማ **አብ** ምስ **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** እዩ። ከመይ ካብ ቅድሙ ምፍልላይ ከይነበረ ዘመን ከይተፈጥረ ካብ **አብ** ስለዝተረኽቡ እዩ። ብደኃር ዝተረኽቡ ኣይኮኑን። ቅድሚ ዘመን ሥሉስ ቅዱስ ብሓድነት ብቅድምና ዝነበሩ፡ ንዘለዓለም ውን ጸኒያም ስለዝነብሩ እዩ። መዝ 90(89)፡2።
፰ በከመ ይቤ መምህረ ሕግ ወአለባዌ ሃይማኖት ባስልዮስ በመልእክቱ እንተ ጸሐፈ ኀበ ሰብአ ቂሳርያ ሐዲስ እስመ ለሊሁ እግዚእነ መሀረነ በጥበብ ወይቤ ሑሩ ቅድመ ወመሀሩ ኵሎ ኣሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢነሐሊ እሎንተ ፫ አስማተ እለ ተውህቡነ ከመ ጳውሎስ ወስልዋኖስ ወጢሞቴዎስ። ማቴ ፳፰፡፲፱-፳። ፪ቆሮ ፩፡፲፱።	7 ከምቲ እቲ መምህር ሕግን ንሃይማኖት ዘረድእን ባስልዮስ ናብቶም ኣብ ሓድሽ ቂሳርያ ዘለዉ ሰባት ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ዝበሎ፡ንሱ ሰብ ኮይኑ ጐይታና 'ቅድም ኪዱ እሞ ንኵሎም ኣሕዛብ መሃሩ ብስም **አብን** ወልድን መንፈስ ቅዱስን ድማ ኣጥምቅዎም' ክብል ስለዝመ ሃረና፡ እዞም ተዋሂቦሙና ዘለዉ ሠለስተ ኣስማት ከም ጳውሎስ ጢሞቴዎስ ስልዋኖስ ዝበሃሉ ኣስማት ፍሉያት እዮም ኣይንበል። ማቴ 28፡19-22, 2ይ ቆሮ 1፡19።
፱ እስመ ውእቱ ዘከረ ፫ተ አስማተ ወአስተዋሐዶሙ በጽምረተ መለኮት	8 ጐይታ ሠለስተ ስም ጸዊዑ ብሓድነት ባህርይ ሓደ ጌርዎም እዩ። ከምኡ ውን

ዘዮሐንስ ም፥ ፮	ዘዮሐንስ ም፥ 90
ወከማሁ ዘይዜክር ናሁ ዘከረ ፫ተ አስማተ ወአስተፃመሮሙ በተዋሕዶ አእሚሮ አሐደ መለኮተ ዘ፫ቱ አካላት በበመልክያሙ ዘውእቶሙ ፫ቱ አስማት።	ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ስም ዝጽውዕ ኮሉ ሰብ፥ እንሆ መለኮት ናይቶም በብመልክያም ጸኒያም ዝነብሩ ሠለስተ አካላት ሓደ ከምዝኾነ ፈሊጡ ነዞም ሠለስተ አስማት ጸዊዑ ብሓደ መለኮት ሓደ ገበሮም። አካላት ዝተባህሉ ውን እዞም ሠለስተ አስማት እዮም።
፱ እስመ ምግባር ይመርሕ ኀበ ጥያቄ አስማት ወምግባርኒ በህላዌሁ ይትፈጸም በዝንቱ ፍጻሜ አልቦ መኑሂ ዘቦቱ አእምሮ ዘይትዐቀፍ በተዋሕዶተ ህላዌ መለኮት ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወእንዘ ፩ዱ ህላዌ መለኮት አስማትሰ ኢየኀብሩ በበይናቲሆሙ ስመ አብ ለከዊነ ስመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወስመ ወልድ ለከዊነ ስመ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወስመ መንፈስ ቅዱስ ለከዊነ ስመ አብ ወወልድ ወበተሰውጦሙ ዲቤነ ይጸንዕ አልባቢነ ።	9 ምክንያቱ፡ ግብሪ ናብ ንስም ምርዳእ የብጽሕ'ዩ፥ ግብሪ ውን ብባህርይ ስለዝፍጸም እዩ። በዚ ፍጻሜ'ዚ እቲ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ባህርየ መለኮት ሓደ ምኻኑ ዝጠራጠር ሓደ እኳ የልቦን። ባህርየ መለኮት ሓደ ክኸውን ከሎ፥ ናይ አብ ስም፥ ናይ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ስም ክኸውን፣ ናይ ወልድ ስም፥ ናይ አብን መንፈስ ቅዱስን ስም ክኸውን፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስም ውን ናይ አብን ወልድን ስም ክኸውን ነፍስ ወከፍ ኣስማት ኣይተሓዋወሱን እዮም። ኣብ ልዕሌና ብምጎዳሮም ድማ ልብና ይጸንዕ።
፲ ወኢይደሉ ነሐሊ ከመ ፩ዱ ፩ዱ ፍሉጣን ወህልዋን እንዘ ኢይትረአዩ በበይናቲሆሙ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አላ ህልዋን እሙንቱ እንበለ ፍልጠት በተዋሕዶተ መለኮት ወፍጹማን በቃለ አሐቲ ስብሐት ወለለ፩ዱ ፩ዱ አካላት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ህልዋን ጥዩቀ በበመልክያሙ ወመለኮቶሙሰ ፩ዱ ውእቱ አኮ ከመ ዘርጉቃን ይትቃረቡ በበይናቲሆሙ በሱታፌ ተራክቦ አላ እንዘ እሙንቱ በጽምረተ ፩ዱ መለኮት ወበዝንቱ ፩ዱ ህላዌ መለኮት ይሰመዩ እግዚአብሔርሃ።	10 አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ውን ነንሓድሕዶም ዝተፈላለዩ፥ ነፍሲወከፎም ከይ ተረኣኣዩ ከምዝነብሩ ጌርና ክንሓስብ ኣይግባእን። ብሓድነት መለኮት ደኣ ብዘይ ምፍልላይ ጸኒያም ዝነብሩ እዮም። ብሓንቲ ቃል ምስጋና ውን ፍጹማን እዮም እምበር። አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ዝተባህሉ ኣካላት ነፍስ ወከፎም በብመልክያም ብግልጺ ብርዱእ ጸኒያም ይነብሩ፥ ባህሪኦም ግና ሓደ እዩ። ብሓደ መለኮት ሓድነት ጸኒያም ይነብሩ እምበር ከምቲ ብቦታ ተረሓሒቆም ዝነብሩ ሰባት ብምርኻብ ሓድነት ነንሓድሕዶም ዝቀራረቡ ኣይኮነን። በዚ ሓደ ባህርየ መለኮት ውን እግዚኣብሔር ተባሂሎም ይጽውዑ።
፲፩ ወፈድፋደሰ ንሕነ ንትአመን ከመ ፩ዱ ፩ዱ እምአካላት ሥሉስ ቅዱስ ይነሥኡ እምተዋሕዶተ ፩ዱ መለኮት ወአካላትኒ ይነሥኡ እምኔሁ እንበለ ማኅለቅት እስመ አብ ህልው በወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወወልድኒ ህልው በአብ ወመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስኒ ህልው በአብ ወወልድ።	11 ነፍስ ወከፍ ካብ ኣካላት ካብ ሓደ መለኮት ሓድነት፥ ኣካላት ውን ብሓድነት መለኮት ብዘይፍጻሜ ገንዘብ ከምዝገብሩ ንሕና ውን ንኣምን ኢና። ከመይ አብ ኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ህልው እዩ እሞ፥ ወልድ ውን ኣብ አብን መንፈስ ቅዱስን ህሉው እዩ እሞ፥ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣብ አብን ወልድን ህሉው እዩ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
፲፪ ወበዝንቱ ነገር መሀረነ ነባቤ መለኮት ጎርጎርዮስ በመጽሐፉ ዘጥምቀት እንዘ ይብል ከመ እሙንቱ ምሉአነ ፩ዱ ብርሃን በተዋሕዶተ ሥላሴ ወሥላሴኒ በአካላት ወበገጻት ወበአስማት ወለእመ ለበውከ ፍካሬሁ ወውእቱሰ ፩ዱ ውእቱ በህላዌ መለኮት ወውእቱ ሊሉይ እንበለ ፍልጠት።	12 እዚ ነገር'ዚ ውን እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ ነገረ ጥምቀት ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ፥ ሠለስትነት ብዘለዎ ሓድነት ሓደ ብርሃን ዝመልኡ ከምዝኾኑ ኣረድኡ። ሠለስትነት ውን ብኣካል ብገጽ ብስም እዩ። ምሥጢሩ እንተትፈልጥ፡ ንሱ ብባህርየ መለኮቱ ሓደ እዩ፡ ብዘይምፍላይ ውን ፍሉይ እዩ።
፲፫ ወካዕበ ይቤ ከመዝ እንዘ ሊሉያን እሙንቱ ይከውኑ ፩ደ እስመ መለኮተ ሥላሴ ፩ዱ ውእቱ ወበሠለስቲሆሙ ሀሎ መለኮት እሙነ እብል ከመ እሙንቱሂ መለኮት እሙንቱ ተውሳከሰ ወታሕፃፀ ንግድፍ እምኔነ ወኢንረሲ ተዋሕዶተ ወኢፍልጠተ አካላት ነኪረ።	13 ከምኡ ውን ከምዚ ኢሎም ፍሉያት ክኾኑ ከለዉ ሓደ ይኾኑ በለ። ከመይ ናይ ሥላሴ ባህርይ ሓደ ስለዝኾነ። መለኮት ከኣ ኣብ ሠለስቲኦም ስለዘሎ ንሳቶም ከኣ መለኮት ከምዝኾኑ ብሓቂ እዛረብ ኣሎኹ። ምንታዊን ርባዔን ካባና ነርሕቕ። ናይ መለኮት ሓድነትን ናይ ኣካላት ሠለስትነትን፡ ጋሻ ነገር ኣይንግበር።
፲፬ ወበእንተዝ ናርሕቅ እምኔነ ትድምርተ ሰባልዮስ ዘያስተጋብእ መለኮተ ሥላሴ በ፩ዱ አካል ወፍልጠተ አርዮስ ዘያሐፅፅ አካለ እምአካላት እስመ እሉ ፪ቱ ግብራት ጎቡረ ያማስኑ ነፍሳተ ወዕሩያን እሙንቱ በክሕደት ወንሕነኒ ዓዲ ነንሥሮሙ ወናወግዞሙ።	14 ስለዚ ድማ ነቲ ንኣካላት ከም መለኮት ሓደ ዝብል ክሕደት ሰባልዮስ ካባና ነርሕቕ። ካብ ሠለስተ ኣካላት ነቲ ሓደ ኣካል ዘንእስ ናይ ኣርዮስ ክሕደት ካባና ነርሕቕ። ከመይ እዞም ክልተ ነገራት ክሕደት ሰባልዮስን ኣርዮስን፥ ሰባት ስለ ዝገሮድኡ፡ ብክሕደት ውን ሓደ ስለዝኾኑ እዩ። ንሕና ድማ ደጊምና ኣውጊዝና ንፈልዮም።
፲፭ ወአትናቴዎስኒ ዘይትሜሰሎሙ ለሐዋርያት በነገረ ሥርወ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት በዐለ ነቅዐ ማየ ሕይወት ሰማዕት ብዙኃ ጊዜያተ እንበለ ክዕወተ ደም ይብል በመጽሐፉ ዘደረሰ በእንተ ሃይማኖት ንሕነሰ ንትአመን ከመ ወልድ ይትዋሐድ በመለኮት ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወእመቦ ዘኢየአምን ከመ ፩ዱ መለኮት ዘቅድስት ሥላሴ ንሕነ ናወግዞ።	15 ቅንዕቲ መሠረተ ሃይማኖት ብምዝራብ ንሓዋርያት ዝመስሎም፡ ሕይወት ዝርከበሉ ወንጌል ዝመሃረን ብዘይ ምፍሳስ ደም ብዙኅ ጊዜ መከራ ዝተቐበለን ቅዱስ ኣትናቴዎስ ውን ነገረ ሃይማኖት ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ፥ ‹ንሕናስ **ወልድ** ምስ **አብን መንፈስ ቅዱስን** ብመለኮት ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን› በለ። ‹መለኮት ናይዞም ሠለስተ ኣካላት ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ንሕና ነውግዞ ኢና› በለ።
፲፮ ወካዕበ ይቤ ኦ አበውየ ንጹሐን ንትአምን እስመ አምላክነ ፩ዱ ውእቱ በተዋሕዶተ መለኮት ወበተዋሕዶተ ህላዌ በንባብ ወበግብር በሠለስቱ አካላት ወበ፩ዱ መለኮት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ንትአመን ቦሙ ከመዝ በጥይቅና መለኮት።	16 ደጊሙ ውን፥ ኦ ንጹሓን ኣቦታተይ! ፈጣሪና ብሓድነት መለኮትን ብሓድነት ባህርይን፡ ብምዝራብን ብምፍጣርን ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ብኣካል ሠለስተ እዮም፡ ብባህርይ ሓደ እዮም። ንመለኮት ብምርዳእ ከምዚ ኢልና ንኣምኖም በለ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
፲፮ ዘከመ ጸሐፍክሙ አ ክቡራን እምእግዚአብሔር እስመ እግዚአብሔር ኢኮነ ካልአ እምቅድስት ሥላሴ እንተ ንሰግድ ላቲ ዘውእቶሙ ፫ቱ አካላት ወ፩ዱ መለኮት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ ወ፩ዱ መለኮት ውእቱ ፩ዱ ህላዌ በንባብ ወግብር ዘንጼሊ ሎቱ እሙነ ወንሰግድ ሎቱ ወንሴብሖ ንሕነ ሕዝበ ክርስቲያን ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ አምላክ እስመ ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ ወዛቲ ትምህርት ጎቤነ ይእቲ እምአበዊነ ቅዱሳን።	17 ካብ እግዚአብሔር ዝተሾምኩም ክቡራን ኣቦታትና ንሰኻትኩም ከምዝጸሓፍኩሙልና፡- እግዚአብሔር ካብቶም ንሰግደሎም ቅድስት ሥላሴ ፍሉይ ስለዘይኮነ፣ እዞም ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ሓደ ኣምላኽ እዩ፣ ሓደ መለኮት ውን እዩ፣ ሓደ ባህርይ እዩ። ብምዝራብ ብምፍጣር ሓደ እዩ። ንሕና ሕዝበ ክርስቲያን ኣሚንና እንጽልየሉ እንሰግደሉን እነመስግኖን ንሱ ሓደ ኣምላኽ እዩ። ከመይ ናይ'ዚ ሓደ ኣምላኽ ዝኾነ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን መለኮት ባህርይ ሓደ እዩ። እዛ ትምህርቲ እዚኣ ውን ካብ ኣቦታትና ተረኺባ፣ ኣባና ድማ ጸኒዓ ትነብር ኣላ።
፲፯ ወዓዲ ንሕነ ናወግዝ እለ ይብሉ አው ይሔልዩ ከመ ሥሉስ ቅዱስ ዘውእቶሙ ፫ቱ አካላት ተሠገዉ በብሂሎቶሙ ከመ መለኮት ኮለንታሁ ዘንሬኢ ከመ ውእቱ በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ተሠገወ ወአኮ ፩ዱ አካል ዘእግዚአብሔር ቃል ዘቦቱ አካል ከመ አብ ወመንፈስ ቅዱስ እለ እሙንቱ ህልዋን በ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ዘንሴብሖ እሙነ በተዋሕዶተ መለኮት ውእቱ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ወ፪ቱሰ አካላት እለ እሙንቱ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ኢተሠገዉ ወኢኮኑ ሰብአ።	18 ከምኡ ውን እቲ ኣብ ህልውና **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ከምዘሎ እንፈልጠ መለኮት ኮለንትናኡ ሰብ ከምዝኾነ፣ እቲ ሰብ ዝኾነ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ከምዘይኮነ ብምባል ነቶም ሠለስተ ኣካላት **አብ** ወልድ መንፈስ ቅዱስ ሰብ ከምዝኾኑ ዝሓስቡን ዝዛረቡን፣ ከምኡ ውን ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ ከምዝኾኑ፣ ከም **አብን** መንፈስ ቅዱስን ኣካል ዘለዎ ብሓድነት መለኮት ምስ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ብሓቂ እነመስግኖ ሓደ ኣካል ናይ እግዚአብሔር ቃል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንዘይኣምኑ ንሕና ነውግዞም። እቶም ክልተ ኣካላት **አብን** መንፈስ ቅዱስን ግና ፈጺሞም ሰብ ኣይኮኑን።
፲፱ ወንሕነኒ ከማክሙ አ ብፁዓን ናአትት ወንፈልጥ ለግሙራ እለ ይብሉ እስመ መለኮተ አካላት ዘዘዚአሁ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አኮ ፍሉጣን ዳእሙ ስንዕዋን ወጎቡራን በመለኮት ንሕነሰ ንትዌከፍ ወንትአመን ኮሎ ሥርዓተ አበዊነ እንተ ተጽሕፈት እምእግዚአብሔር በመንፈስ ።	19 አ ብፁዓን! ንሕና ውን ከማኻትኩም ናይ ኣካላት መለኮት ናይ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ነናቶም ነንበይኑ እዩ ንዝብሉ ነውግዞምን ንፈልዮምን። ዝተፈላለዩ ስለዘይኮኑ ብመለኮት ሓደ እዮም እምበር። ንሕናስ ነታ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሎም ካብ እግዚአብሔር ረኺቦም ዝጸሓፍዋ ናይ ኣቦታትና ሃይማኖት ንኣምንን ንቕበልን።
፳ ወበከመ ንሕነ ስንዕዋን ምስሌክሙ በዝንቱ ግብር ዘውእቱ ንባብ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ዘንሰግድ ሎሙ ወዓዲ ንትአመን ዘንተ ጎቤክሙ አ ንጹሐን ወንዜከር ሃይማኖተ አበዊነ ቅዱሳን	20 አ ንጹሓን ኣቦታትና! ብዛዕባ እንሰግደሎም ቅድስት ሥላሴ እንዛረቦ ዘረባ በዚ ምሥጢር'ዚ ምሳኻትኩም ሓደ ከምዝኾንና፣ ነዚ ድማ ብኣኻትኩም ንእመን ኢና። ኣምላኽ ብዝፈጸሞ ሥጋዌ ከመይ ኢሎም ከምዝኣምኑ ናይ ቅዱሳን ኣቦታትና ሃይማኖት

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
ዘከመ እፎ ይትአመኑ በሥጋዌ አምላካዊ ዘውእቱ ትስብእተ ፍዱ አካል እምኔሆሙ እግዚአብሔር ቃል ስቡሕ በኵሉ ጊዜ ውስተ ቅድስት ሥላሴ ወያጌብረነ ክብርክሙ አምላካዊ ውስተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት እንተ ኀቤነ ከመ ንዝክር ዘንተ በአምጣንነ ዘከመ ሥርዓተ ቀኖና።	ንዛረብ ኣሎና። እዚ ድማ እቲ ኵሉ ጊዜ ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ዝምስገን ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ቃል ዝፈጸሞ ሰብ ምኻን እዩ። ኣባና ኣብ ዘላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን (ኣብ ጉባኤ ምእመናን) ብመጠን ኣእምሮና፡ ውሱን ሥርዓት ብምኻኑ ነዚ ምሥጢረ ሥጋዌ ንኽንምህር፡ ኣምላኽ ዘኽበሮ ሰብነትኩም የገድደና እዩ።
፮፩ ወይእዜኒ ድልዋን ንሕነ ለገቢር ንብል ወነአምን በወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ቀዳማዊ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ብርሃነ ጽድቅ ዘእምብርሃነ ጽድቅ አርአያ አካሉ ለአብ ዘኢይትዌለጥ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።ዕብ ፩፡፩-፬።ሚልክ ፫፡፮።	21 ሕጂ ውን ንሕና ነዚ ንምግባር ድልዋት ኢና። ቡቲ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ አብ ብዝተወልደ፡ ከም አብን መንፈስ ቅዱስን ቀዳማዊ ዝኾነ፡ ካብ ሓቀኛ ብርሃን ዝተረኽበ ሓቀኛ ብርሃን፡ ንአብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎን ምልዋጥ ብዘይብሉ ብሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ንኣምን ንብል። ዮሓ 1፡1-14, ዕብ 1፡1-4, ሚል 3፡6።
፮፪ ወሶበ ተሣሀለ ፍጡራኒሁ እምነ መርገም ወሙስና ዘወድቀ ቦቱ አዳም በጌጋዩ ወፍትሕኒ ዘፈትሐ ላዕሌሁ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ እንዘ ኢየዐርቅ እመንበረ ንግሡ አምላካዊ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ንጽሕት ማርያም ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእምኔሃ ለብሰ ድንግልናዌ ሥጋሃ ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ በአካሉ ወቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት።መዝ ፲፰(፲፱)፡፬።ሮሜ ፩፡፲።	22 ካብቲ ኣዳም ብኃጢኣቱ ተታኒዙዎ ዝነበረ ፍዳን መርገምን፡ ከምኡ ውን ካብ ዝፈረዶ ፍርዲ ነጻም ፍጡራኑ ከድኅን ኣብ ዝደለየሉ ጊዜ፥ ካብ ዙፋን ጐይትነቱ ከይተፈልየ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ኣብ ማኅፀን ንጽሕት ድንግል ማርያም ኃደረ። ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ውን ነቲ ካብ ዘርኢን ሩካቤን ንጹሕ ዝኾነ ሥጋኣ ካብኣ ተዋሓደ። ብዝተፈልየ ኣካሉ ውን ምስኡ ሓደ ገበሮ። እትፈልጥን እትዛረብን ነፋስ ውን ኣለዎ። መዝ 18(17)፡9። ሮሜ 5፡10።
፮፫ ኢሀሎ እምቅድመ ኀድረቱ ወኢኮነ ተዋሕዶቱ ቦቱ ህልወ እምቅድመዝ በከመ ይቤ አምሳሊሆሙ ለሐዋርያት አትናስዮስ ዓቢይ ወሥጋኒ አሜሃ ኮነ ሥጋ ቃለ እግዚአብሔር ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወአሜሃ ሥጋሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተሥዕለ በጥንተ አካል እንዘ ይትዋሐድ ምስለ ቃል።	23 ሥጋ ብቅድምና ዝነበረ ኣይኮነን። ተዋሕዶ ቃልን ሥጋን ውን ቅድሚ ዕለተ ፅንሲ ዝነበረ ኣይኮነን። እቲ ንሓዋርያት ዝመስሎም ዓቢይ ኣትናስዮስ ከምዝበሎ፥ ሥጋ ውን ሽዑ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ እግዚኣብሔር ቃል ኮነ። ሽዑ ውን ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋ ምስ ቃል ተዋሒዱ ናይ ዕለት ፅንሲ ኮይኑ ተቐርጸ።
፮፬ ወከመዝ ተዐገሠ መዋዕለ ልደት ፱ተ አውራኃ ወአስተርአየ እምኔሃ ሰብአ ዘበአማንወኢፈትሐ ማኅተመ ድንግልናሃ ወእግዚአብሔር ቃል ዘወለደቶ ለሊሁ	24 ከምኡ ውን ቅድሚ ልደቱ ዘሎ ጊዜ ትሸዓተ ወርኂ ሓለወ። ካብኡ ውን ብሓቂ ሰብ ኮይኑ ተገልጸ። ማኅተመ ድንግልናኣ ውን ኣይለወጠን። እቲ ዝወለደቶ እግዚኣብሔር ቃል ውን ንሱ

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
ያቀንት ኃይለ ለድኩማን ወከመዝ ወሰከ ኀቤሁ ሥጋ በተዋሕዶ አካል በዘኢይትረከብ ወበዘኢይትነገር።	ነቶም ድኹማት የጽንዕ። ብዘይንገርን ብዘይምርምርን ብኣካል ተዋሒዱ ንሥጋ ናቱ ገንዘብ ገበረ።
፷፭ ወኢይክል ንባበ እጓለ እመሕያው ያእምር አው ይዝክር ክዋኔ ልደቱ ወተዐገሠ ይጥቡ ወይልሐቅ በሥጋ በበሕቅ እስከ መዋዕለ ፍጻሜ መዋዕለ አካል ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ወአጽንዐ ቦቱ ትስብእተ ዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ወነበረ በዘዚአሁ ግብር እምድኅረ ትሥጉቱ።	25 ንነገረ ልደቱ ሰብ ክፈልጦ ኮነ ክዛረቦ ኣይክእልን እዩ። ኣተዓባብያ ኣካል ክሳዕ ዝፍጸም ዘሎ ጊዜ (30 ዓመት)፥ ጡብ ጠብዩ ብሥጋ በብቑሩብ ምዕባይ ፈተወ። ብኵሉ ሥራሑ ውን መሰለና።ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ንዝወሰዶ ናትና ሥጋ ውን ብተዋሕዶ ኣጽንዖ። ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ከይተለወጠ ጸኒዑ ነበረ።
፷፮ ወኢተወሰከ ዲበ ሥላሴ ምንትኒ እስመ አሐዱ ውእቱ ለሊሁ አምላክ ወለሊሁ ሰብእ ኀቡረ ውእቱ ይትዋሐድ ምስለ አቡሁ በህላዌ መለኮት ወውእቱ ይትዔረይ ምስሌነ በህላዌ ትስብእት ውእቱ ሰማያዊ ወውእቱ ምድራዊ ውእቱ ያስተርኢ ወውእቱ ኢያስተርኢ ውእቱ ይትገሠሥ ወውእቱ ኢይትገሠሥ ውእቱ ይትረከብ ወውእቱ ኢይትረከብ ውእቱ ሐማሚ ወውእቱ ኢየሐምም ውእቱ ሐማሚ በሥጋ ወውእቱ ኢሐማሚ በመለኮት። ዮሐ ፫፡፴፩። ፩ዮሐ ፩፡፩-፬።	26 ኣብ ሥላሴ ዋላ ሓንቲ ኣይተወሰነን፡ ከመይ ንሱ ሓደ እዩ። ንሱ ኣምላኽ እዩ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ውን ንሱ እዩ። ብባህርየ መለኮቱ ምስ ኣቦኡ ሓደ እዩ፡ ንሱ ብባህርየ ሥጋ ውን ምሳና ሓደ እዩ። ሰማያዊ ንሱ እዩ፡ ምድራዊ ውን ንሱ እዩ። ንሱ ይርኣን ኣይርኣን፡ ንሱ ይውሰንን ኣይውሰንን። ንሱ ይድኅሠሥን ኣይድኅሠሥን። ንሱ ይሓምምን ኣይሓምምን፡ ንሱ ብሥጋ ይሓምም ብመለኮት ግና ኣይሓምምን እዩ። ዮሓ 3፡31, 1ይ ዮሓ 1፡1-4።
፷፯ ወለእሉሰ እለ ይፈልጥዎ አው ይከፍልዎ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ይነብብዎ በ፪ቱ አካላት አው በ፪ቱ ሥምረት አው በ፪ቱ ህላዌያት አው በ፪ቱ ምግባር አው በ፪ቱ አርአያ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትአመር በከመ ገብሩ ማኅበረ አይሁዳውያን እለ ተጋብኡ በኬልቄዶን በሕፀተ ልዮን ዕልው ወኢይትአመኑ ከመ ውእቱ ፩ዱ እም፪ቱ አካላት ፍጹማን ዘከመ ንባብነ ዘኮነ አሐደ እም፪ቱ ኅቡራን በ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ሥምረት ወ፩ዱ መኒሕ ወ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ አላ ያበጽሑ ካልኣ ሃይማኖተ እንተ ኢመጠውዋ ለነ አበዊነ መምህራን አምላካውያን ነባብያን በመንፈስ ቅዱስ	27 ከምቶም ብመልእኽቲ ከሓዲ ልዮን ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ ማኅበረ ኣይሁድ ዝገበርዎ፥ ድኅሪ'ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ናብ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝኸፍሉ፡ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ክልተ ፍቓድ ክልተ ግብሪ ክልተ ገጽ እዩ ዝብሉ፡ ወይ ውን ከምቲ ንሕና 'ሓደ ኣካል ሓደ ፍቓድ ብምኻን ሓደ ካብ ዝኾኑ ክልቲኦም ሓደ ዝኾነ ንሱ ሓደ ክርስቶስ ሓደ **ወልድ** ሓደ ጐይታ እዩ' ዝበልናዮ ዘይኣምኑ፡ ካብ ክልተ ፍጹማን ኣካላትን ካብ ክልተ ባህርያትን ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምኑን፡ እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሎም ዝተዛረቡ ኣምላኽ ዝኃደሮም ኣቦታትና መምህራን ዘይመሃሩና ካልእ ሃይማኖት ዘምጽኡን፡ በቲ ናብ ኵሉ ዝበጽሕ ቃል ንሕና ነውግዞም ኢና። ብዘይምትሕውሳ ብተዋሕዶ ሓደ ንዝኾኑ ተሓዋዊሶም እዮም ኢሎም ዝኣምኑ፡

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
ንሕነ ናወግዞሙ በቃል ልዑል በከመ ተገብረ በእለ ኢዐቀቡ ፍልጠታተ ህላዌያት እምቱሳሔ ወትድምርት ዘይከውን እም፪ቱ ህላዌያቲሁ ለእግዚእነ ክርስቶስ ወባሕቱ ይትአመኑ ቱሳሔ ህላዌያት እለ ኀብሩ በተዋሕዶ ዘእንበለ ቱስሕት ወለእሉኒ ዓዲ ንሕነ ናወግዞሙ በዝንቱ ግዘት ገሃደ።	ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኀክልተ ባህርያት ሓደ ብምግባሩ ክልተ ባህርያት ከምዘይተሓዋወሱን ከምዘይተለዋወጡን ኣብቶም ዘይኣምኑ ሰባት ከምዝተገብረ ነዚኣቶም ውን ንሕና ብጉባኤ ነውግዞም ኢና።
፸፰ ወዓዲ ንትአመን ወንብል ኢተመይጠ መለኮት እምህላዌሁ ለከዊነ ሥጋ ዘገብሮ ይትዋሐድ ምስሌሁ ወሥጋኒ ዓዲ ኢተመይጠ ለከዊነ መለኮት ወኢኮነ ሥጋ ህልወ እምቅድመ ተዋሕዶ እስመ በህላዌ አካለ ምሥጢሩ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘትትአመኖ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን ቦቱ ኮነ ተዋሕዶ።	28 ከምኡ ውን መለኮት ካብ ባህሪኡ ናብቲ ምስኡ ከምዝዋሓድ ዝገበሮ ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን፡ ሥጋ ድማ ናብ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን ኢልና ንኣምን። ቅድሚ ተዋሕዶ ንመለኮት ሥጋ ኣይነበሮን። በቲ ቤተ ክርስቲያን እትኣምኖ ምሥጢር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገብሮ ኣካል ባህርይ ደኣ ተዋሕዶ ተገብረ እምበር።
፸፱ ወኢይደሉ ይትከፈል አማኑኤል ዘኮነ ፭ደ እም፪ቱ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ወኢኀበ ፪ቱ አምሳላት ወኢኀበ ፪ቱ ሥምረት ወኢኀበ ፪ቱ ምግባር ዘከመ ይሔሊ ዝኩ ጉባኤ እኩይ ዘይቤ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ ሥምረት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወይጽሕቁ ያንብሩ ሁከተ በዘተብህለ ሠናየ ወጸሐፍዎ አበዊነ ለባስያነ እግዚኣብሔር እለ አርትዑ ነገረ ጽድቅ ወይትጋደሉ ከመ ይፍልጡ ተዋሕዶተ ህላዌያት ወግብራት በአምጣነ ክሕደት ወጽርፈት ዘሀሎ በጠማረ ልዮን ዓላዌ ሕግ ወስንዕወ ንስጥሮስ ዘጸረፈ ላዕለ እግዚኣብሔር ዘኮነ ሰብአ።	29 ‘ድኅር’ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ ክልተ ፍቓድ እዩ’ ክብል እዚ ክፉእ ጥፉእ ጉባኤ ኬልቄዶን ከም ዝተዛረቡ፡ ነቲ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ዝኾነ ኣማኑኤል ናብ ክልተ ባህርያት ናብ ክልተ ኣካላት ናብ ክልተ መልክዕ ናብ ክልተ ፍቓድ ናብ ክልተ ሥራሕ ምኽፋል ኣይግባእን። ኣብ ልዕሊ’ቲ ሓቐኛ ሃይማኖት ዘቕንዑ እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ኣቦታትና ዝጸሓፍዎ ሓቀኛ ትምህርቲ፡ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኢሎም ጽሑፎም ከቕምጡ ይፈትዉ። ተሓባባሪ ነቲ ‘ንሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር’ ዝጸረፉ ንስጥሮስን መፍረሲ ሕጊን ዝኾነ ልዮን፡ ነቲ ኣብ ደብዳቤኡ ንዘሎ ክሕደትን ጸርፍን ጒዞም ናይ ባህርይን ግብርን ሓድነት ኀክፈልዩ ይጽዕሩ ኣለዉ።
፹ ወልዮንሰ ዕልው ተኮላ ቀታሌ ነፍሳት ይብል እስመ ዘለለ፩ዱ ፩ዱ እምገጻት ይገብር ግብረ ዘዚኣሁ እምድኅረ ሱታፌሆሙ በተዋሕዶ ይቤ እስመ ቃል ይገብር ግብረ ቃል ወሥጋ ይገብር ግብረ ሥጋ ወይቤ እስመ ቃል ይሴባሕ በመንክራት ወሥጋ ይቱሐት እምነ ስብሐት በእንተ ጽርፈት	30 ንነፍሳት ዝጐድእ ተኮላ ከሓዲ ልዮን ግና፡ ድኅር’ቲ ብተዋሕዶ ሓደ ምኻኖም ነፍስ ወከፍ ካብ ባህርያት ነናቱ ገገንዘቡ ከምዝሠርሕ ይዛረብ። እዚ ማለት እቲ ቃል ናይ ቃል ሥራሕ ይሠርሕ፡ እቲ ሥጋ ድማ ናይ ሥጋ ሥራሕ ይሠርሕ በለ። ቃል ተኣምራት ብምግባር ይበልጽ፡ ሥጋ ግና ስለ ዝሓመመ ስለዝተጸርፈ ብኽብሪ ይንእስ በለ። ነቲ ክብሪ ኣምላኽነት

ዘዮሐንስ ም፡ ፮	ዘዮሐንስ ም፡ 90
ወሕማማት ወይቄስክ ኀበ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ክብረ አምላካዊ ወያበጽሕ ብእሴ ለባሴ እግዚአብሔር እስመ ረሰዮ ሕፀፀ ትስብእት ባሕቲቱ ወልዕልናሂ ለመለኮት ባሕቲቱ ወረሰዮሙ ክልኤተ ፍሉጣነ ወበኵሉ ዘይመስል ዘንተ ንባበ እምክሕደቱ ተርጕመ ቦቱ ፍልጠተ ወአጽንዖ በኵሉ ገጽ።	ብኀድረት ንጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሂቡ ይዛረብ። እግዚአብሔር ዝኃደሮ ዕሩቅ ብእሲ እዩ ይብል። ትሕትና ንሥጋ ጥራይ፡ ልዕልና ድማ ንመለኮት ጥራይ ሂቡ ብምዝራብ፡ ዝተፈላለዩ ክልተ ገበሮም። ካብቲ ክሕደቱ ድማ ንኵሉ ነዚ ዝመስል ዘረባ፡ ‘ምፍልላይ’ ተዛረበ፡ በብዓንቀጹ ውን ኣጽንዖ።
፴፩ ወጉባኤ ቤተ ክርስቲያንሰ ኢታብጽሕ ፍልጠተ ወኢቱሳሔ ወኢድማሬ አላ ታወግዝ ኵሎ ዘይትአመን ዘንተ ግብረ ወንሕነኒ ናወግዞሙ በቃል ጽኑዕ ወከማሁ ለእለ ይብሉ ምትሐት ወጽላሎት ሥጋሁ ለእግዚአብሔር ቃል ወለእለሂ ይብሉ አውረደ እግዚእ ሥጋሁ እምሰማይ አው ይብሉ ውእቱ እም ካልእ አርአያ አው ይብሉ ዘእንበለ ነፍስ ወዘእንበለ ልብ ውእቱ አው ይብሉ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ እምአመ ተዋሐደ ቦቱ ኢይረክቦ ድካም በኵሉ ግብሩ ወዘኢየሐምም ወኢይመውት ወኢይደሉ ይሕምም በሕማመ ዚአነ በህላዌ እጓለ እመሕያው እንተ አልባቲ ኃጢኣት ዘነሥአ በእንቲአነ በፈቃዱ ዘእንበለ ፍልጠት እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ በእንቲአነ እንዘ ኢያጌብሮ መኑሂ።	31 ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን ግና ተፈልየ ተሓዋወሰ ኣይትብልን። እኳ ደኣ በዚ ነገር'ዚ ንዝኣምን ኵሉ ተወግዘ። ንሕና ውን ብዘይልወጥ ቃል ነውግዞም። ከምኡ ድማ ነቶም ‘እግዚአብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ ምትሓትን መሲልካ ምርኣይን እዩ’ ዝብሉ፡ ‘እግዚአብሔር ሥጋኡ ካብ ሰማይ ጎዩ መጸ’ ዝብሉ፡ ወይ ውን ‘ነፍሲ ኮነ ልቡና ዘይብሉ እዩ’ ዝብሉ፡ ወይ ውን ‘ዘይሓምምን ዘይመውትን መለኮት ካብ ዝዋሓድ ጅሚሩ ብኵሉ ሥራሕ ድኻም የብሉን ዘይሓምምን ዘይመውትን ኮይኑ እዩ’ ዝብሉ፡ ‘ዋላ ሓደ ከየገደዶ ምእንታና ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ከይተፈልየ ብፍቓዱ ምእንታና ብተዋሕዶ ኃጢኣት ብዘይተረክባ ባህርየ ሰብ ናትና ሕማም ክሓምም ኣይግባእን እዩ’ ንዝብሉ ውን ነውግዞም ኢና።
፴፪ ወንሕነሰ ይእዜ ንትቃረን እሎንተ ጎጉላነ ወረሲዐነ ወንብል እስመ ዘተሠገወ ውእቱ ዘበአማን አርአያ ዚአነ በኵሉ ግብር ወንሕነሂ አኃዊሁ ዘእንበለ ኃጢኣት ወኮነ አሐደ ህላዌ ምስሌነ ወስንዕው ለነ በዝንቱ ትዝምድ ወሱታፌነ በሕማም እስመ ውእቱ ተወክፈ ጽምአ ወድካመ ወንዋመ ወዘይመስሎ ለዝንቱ እምሕማማተ ህላዌነ እንተ አልባቲ ነውር።	32 ንሕና ግና ነቶም ኣእምሮ ዘይብሎምን ንተዋሕዶ ዝዘንግዑን ሕጂ ንቃወሞም ኣሎና። ሥጋ ዝተዋሓደ ንሱ ውን ብኵሉ ሥራሑ ንኣና ከምዝመስል ንዛረብ ኣሎና። ንሕና ውን ብዘይካ ኃጢኣት ኣጎዋቱ ኢና፡ ምሳና ውን ሓደ እዩ፡ ብሕማም ከኣ ይመስለና እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ካብ ኃጢኣት ዘይብላ ሕማም ባህርይና ጽምእን ድኻምን ድቃስን ነዚ ዝመስል ኵሉን ተቐቢሉ እዩ።
፴፫ ወመጠወ ሥጋሁ በፈቃዱ ከመ ይሕምም በዘይደሉ ቦቱ ወከመ ይሙት ጥዕመ ሕማማተ ቀኖስል ወሕማማተ ዝብጠት ወሁከት ወትካዝ ወዘንተ ኵሎ ሕማማተ ተወክፈ ከመ	33 ቦቲ ዝግባእ መከራ ምእንቲ ክቐበል ብፍቓዱ ሥጋኡ ንሕማም ሃበ። ኃኽመውት ውን ብቑኦሊ ቅንዋት ምሕማም፡ ብግርፋት ምሕማምን ብኃዘን ምሕማምን ናቱ ገበረ። ብሕማሙ

ዘዮሐንስ ም፡ ፯	ዘዮሐንስ ም፡ 90
በሕማማቲሁ ይሥዐር ኃይለ ሕማም ወያጥፍኦ እምኔነ ወያማስን ኃጢኣተ እንተ ወድቀ ባቲ ትዝምደ እንለ እመሕያው ወያሕይወነ በዝንቱ ግብር ወለሞትኒ ዘድልው ለነ እሙነ ዘውእቱ ፍልጠተ ነፍስ እምሥጋ ለሊሁ ዓዲ ጥዕመ በፈቃዱ ወበክሂሎቱ ። ኢሳ ፶፫፡፭-፲፪። ፩ጴጥ ፪፡፳፬-፳፭ ።	ኃይሊ ሕማም ኀኽስዕርን ካባና ፈጺሙ ንከጥፍኦን፡ ከምኡ ውን ነቲ ባህርየ ሰብ ተታኒዙሉ ዝነበረ ኃጢኣት ኀኺጥፍእን በዚ ሥራሕ'ዚ ንከድኅነናን ነዚ ኵሉ መከራ'ዚ ተቐበለ። ብሓቂ ንኣና ዝግባእ ሞት ውን ብፍቓዱ ብከሃሊነቱ ባዕሉ ተቐበለ። እዚ ድማ ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ ምፍላይ እዩ። ኢሳ 53፡1-12። 1ይ ጴጥ 2፡21-25።
፴፬ እስመ ክርስቶስ አምላክነ አፍለሰ ዘንተ እስከ ኮነ እንበለ ሙስና ዘከመ ይደሉ ለመለኮት በመንክር ትንሣኤ ከመ ይሚጠነ ወያሕይወነ በእሉ ሕማማት ማሕየውያት እንተ ሐመ ባቲ በሥጋሁ እምዘየዐኪ ሞት ወእምሥልጣነ ዲያብሎስ ወያብአነ ውስተ ዐፀድነ ዘትካት።	34 ከመይ ፈጣሪና ክርስቶስ ከምቲ ንጐይትነቱ ዝግባእ፡ ንሥጋ ዘይልወጥ ክሳዕ ዝኸውን ብዘደንቕ ትንሣኤ ሙስና መቓብር ኣጥፊኡ እዩ። በዞም ብሥጋኡ ዝተቐበሎም ዘድኅኑ ሕማማት፡ ካብ ጽኑዕ ሞትን ሥልጣን ዲያብሎስን ንከድኅነና ከምኡ ውን ናብቲ ቀዳማይ ቦታና ንክመልሰና እዩ።
፴፭ ንሕነሰ ሶበ ተሰደድነ እምገነተ ተድላ በጌጋየ ዕልወት ኮነ ከመ እንስሳ እለ አልቦሙ ልብ ወንባብ ወተመሰልናሆሙ በከመ ዘመረ ዳዊት ነቢይ ወውእቱሰ ገብረ ዘንተ ኵሎ ግብረ በእንቲኣነ ተዐገሠ ሕማማተ እንተ አልባቲ ነውር ወተወክፈ በፈቃዱ መዋዔ ኵሉ ግብር። መዝ ፴፪(፴፩)፡፰። ፵፱(፵፰)፡፳።	35 ብሰንኪ ናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ ዝመጸ ኃጢኣት፡ ንሕና ካብታ ሓጕስን ደስታን ዘለዋ ገነት ኣብ ዝወጸእናሉ ጊዜ፡ ከምቲ ነቢይ ዳዊት ዝበሎ 'ከምቶም ፍልጠት ዘይብሎምን ክዛረቡ ዘይክእሉን እንስሳታት ኮንና፡ ንኣታቶም ውን መሰልና'። ንሱ ግና ብዘይካ በይና ኃጢኣት እዚ ኵሉ ሥራሕ'ዚ ምእንታና ገበረ። ሞትን ኃጢኣትን ዘጥፍእ ንሱ ምእንታና ነውሪ ኮነ ነቐፋ ዘይብሉ ሕማም ብፍቓዱ ተዓጊሡ ተቐበለ። መዝ 32(31)፡8። 49(48)፡20።
፴፮ ወእለሰ ይብሉ ከመ ውእቱ ኢሐመ ሥጋ ዘየሐምም ወይመውት በፈቃዱ በሕማማት እንተ ርኅቅት እምኵሉ ትእይርት እንተ ታጠፍእ ወታሐምም እንተ ወረደት ቦቱ ወለእሉኒ ንሕነ ናወግዞሙ በእንተ ዘኮኑ ነኪራነ እምነ ሃይማኖት እስመ ውእቱ ሥጋ ሐማሚ ወመዋቲ ወዘውእቱ ዘበጽድቅ ከሀሊ ከመ ኢይሕምም በሕማማት እንተ ርኅቅት እምኵሉ ትእይርት ተዋሐደ ቦቱ ወመጠወ ነፍሶ ለሞት በዝንቱ ግብር በጊዜ ዘፈተወ።	36 'እቲ ዝሓምምን ዝመውትን ሥጋ፡ በታ ንዝበጽሓቶ እተጥፍእን እትጐድእን ካብ ኵሉ ጸርፍታት ውን ዝረሓቐት ሕማም ብፍቓዱ ኣይሓመመን' ዝብሉ ካብ ሃይማኖት ዝተፈልዩ ስለዝኾኑ ነዚኣቶም ነውግዞም ኢና። ከመይ ሥጋ ሓማሚ መዋቲ እዩ። ካብታ ምትሓት ካብ ምኻን ዝረሓቐት ሕማም ብሓቂ ከይሓምም ዝከኣለ ንሱ ሥጋ ተዋሒዱ ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ በዚ ሥራሕ'ዚ ርእሱ ንሕማምን ሞትን ኣጎሊፉ ሂቡ እዩ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፺ ፡ ዘኪራኮስ ም ፺፩	ዘዮሐንስ ም 90 ፡ ዘኪራኮስ ም 91
፴፯ ወፈቀደ በጥበብ እንተ ትትሌዐል እምአልባብ ከመ ያድኅነነ በሕማማቲሁ ማሕየዊት ወእምዝ አጽርዐ ዘንተ ግብረ ወአጥፍአ ለግሙራ አመ ተንሥአ እምነ ሙታን ወአፍለሰ ሥጋሁ እስከ ኮነ ዘእንበለ ሙስና ወዘእንበለ ሕማም ወዘእንበለ ሞት ወዘእንበለ ድካም ከመ ይኩነነ ርእሰ ለእለ ንበጽሕ በትንሣኤሁ ወከመ ንርከብ ሕይወተ ዘለዓለም። ሮሜ ፬፡፳፭። ቈላ ፩፡፲፰።	37 ልቡና ብዘይምርምራ ጥበቡ፡ በታ እተድኅን ሕማሙ ንኪድኅነና ፈተወ። ካብ ምውታን ተፈልዩ ምስ ተንሥአ፥ ፈሪስካን በስቢስካን ምትራፍ ፈጺሙ ኣጥፍኡ። ነቲ ሥጋኡ ምልዋጥ፡ ሕማም፡ ሞት ኮነ ድኻም ክሳዕ ዘይብሉ ዝኸውን ብተዋሕዶ ኣጽንዐ። እዚ ኸኣ ነቶም ዘለዓለማዊ ሕይወት ንምርካብ ብትንሣኤኡ ንእትንሥእ ንኣና ጀማሪ ትንሣኤ ንክኾነና እዩ። ሮሜ 4፡25። ቈላ 1፡18።
፴፰ ወእፎመ ሐመ ሶበ ፈቀደ ይሕምም ቤዛነ እንዘ ውእቱ ህልው ዘእንበለ ሕማም በህላዌሁ እስመ እግዚአብሔር ውእቱ ሶበ ኢተዋሐደ በአካሉ በሥጋ ሐማሚ ዘበአማን ወተወክፈ ሕማማተ እስከ ጊዜ ትንሣኤሁ ዝንቱ ዘረሰዮ ይትዋሐድ ምስሌሁ እስከ ለዝሉፉ እንዘ ርኁቅ እምኃጢአት ዘይደሉ ቦቱ እምአመ ፈጠሮ በውስተ ከርሥ ወእምድኅረ ትንሣኤሁሰ ኮነ ኢሐማሚ ወኢመዋቴ ወኢማኅሴ ዲበ ኵሉ ገጻት ወንሕነሰ ኮልነ እለ ብነ ልብ ክርስቶሳዊ ዘበአማን ኢንሐሊ ተቃር ኖተ ጽድቅ።	38 ብዝተፈልየ ኣካሉ ብሓቂ ሓማሚ ሥጋ እንተ ዘይዋሓድ ኸኣ እሞ፥ ንሱ ኣምላኽ ስለዝኾነን ብባህሪኡ ሕማም ስለዘይብሉን ክሓምም ኣብ ዝፈትወሉ ጊዜ ከመይ ኢሉ በጃና ምሓመመ ነይሩ፧ ኣብ ማኅፀን ካብ ዝፈጥሮ ጀሚሩ ዝሰማምዖ ዝነበረ ኃጢኣት ከይሃለዎ ምስኡ ንዘለዓለም ከም ዝዋሓድ ዝገበሮ ንሱ፡ ክሳዕ ጊዜ ትንሣኤኡ ንሕማም ገንዘብ ገበረ። ድኅሪ ትንሣኤኡ ግና ፈጺሙ ዘይልወጥ ዘይሓምም ዘይመውት ኮነ። ንሕና እቶም ብሓቂ ንክርስቶስ ዝኣምን ልቢ ዘለዎና ኮኾትና ግና ነቲ ሓቂ ምቅዋሙ ኣይንፈቱን ኢና።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፺፩ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 91 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ኪራኮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በጠማረ መልእክቱ ኀበ ንጹሕ አባ ማርቆስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ።	1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኪራኮስ፡ ናብቲ ንጹሕ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ማርቆስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ።
፪ ንሕነሰ ጽኑዓን በጽድቅ ወንሰብክ እንዘ ንትአመን በሥሉስ ቅዱስ እለ ሀለዉ ቅድመ ወይሂልው ለዓለም ንጹሐን ፫ቱ አካላት ፍጹማን ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ መለኮቶሙ ወ፩ዱ ህላዌሆሙ ወ፩ዱ ግብሮሙ ወ፩ዱ ሥምረቶሙ ወአሐቲ ክሊሎቶሙ ወህልዋን በዘዘዚአሆሙ።	2 ብሓቂ ጽኑዓት ዝኾንና ንሕና፥ በቶም ቅድሚ ዓለም ዝነበሩን ንዘለዓለም ዝነብሩን ንጹሓን ፍጹማን ዝኾኑ ሰለስተ ኣካላት ፍሉያት ሰለስተ ከምዝኾኑ ኣሚንና ንምህር። እዚኣቶም ድማ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። መለኮቶም ሓደ እዩ፡ ባህሪኦም ሓደ እዩ፡ ሥራሖም ሓደ እዩ፡ ፍቓዶም ሓደ እዩ፡ ከሃሊነቶም ሓደ እዩ፡ በብኣካሎም ጸኒያም ዝነብሩ እዮም።

ዘኪራኮስ ም፡ ፶፩

፫ ወአኮ አብ በርእሱ ባሕቲቱ ዘይገብር ወልድኒ ዓዲ አኮ በርእሱ ባሕቲቱ ዘይገብር ወመንፈስ ቅዱስኒ ዓዲ አኮ በርእሱ ባሕቲቱ ዘይገብር አላ ለዘይፈቅዶ አብ ይፈጽምዎ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወምግባሮሙኒ ፩ዱ እስመ ፩ዱ ውእቱ መለኮቶሙ ፫ቱ አካላት እለ ዕሩያን በአርአያ ወበአምሳለ መልክዕ።

፬ ፩ዱ ዘኢተወልደ ወኢወፅአ ወካልኡ ዘተወልደ ወሣልሱ ዘወጽአ እስመ አብ ኢተወልደ ወኢወፅአ እምነ መኑሂ ወኢኮነ ሀልዎቱ እምካልእ ህላዌ አላ ውእቱ ባሕቲቱ ጥንት ወአልቦቱ ካልእ ዘእንበሌሁ ወውእቱ ቀዳማዊ በሥላሴ ወልድኒ ዓዲ አኮ ሀልዎቱ እምካልእ ህላዌ አላ እምህላዌ አብ ዘአልቦቱ ጥንት ወውእቱ ጥንተ ኵሉ ቅድምና ወእምኔሁ ሠረቀ ወልድ ቀዳማዊ ዘለዓለም ወተወልደ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ አኮ ሀልዎቱ እምካልእ ህላዌ አላ እምህላዌ አብ ዘውእቱ ጥንተ ጽድቅ ወእምኔሁ ወፅአ መንፈስ ቅዱስ ቀዳማዊ ዘለዓለም በኵሉ ጊዜ ወእምኔሁ አብርሀ። ዮሐ ፲፡፴፪።

፭ ወ፫ቱ አካላት ዕሩያን በኵሉ እስመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እምነ አብ ወጥንተ ቅድምና እሙንቱ ዘከመ አብ ወአሐቲ ይእቲ ቅድምናሆሙ ለሥላሴ በከመ ንቤ እስመ ወልድኒ ዓዲ ጥንተ ቅድምና ዘምስለ መንፈስ ቅዱስ ወእንዘ አልቦቱ ጥንት ወኢመዋዕል ወልድ ቀዳማዊ ተወልደ እምአብ ወዓዲ መንፈስ ቅዱስ ቀዳማዊ ወፅአ እምአብ ዘእንበለ መዋዕል። ዮሐ ፲፭፡፳፮። ፲፮፡፳፯።

፮ ኢይደሉ ይኩን ወልድ ፍሉጠ እምአብ በምንትኒ እምጊዜያት ወኢበሐልዮ

ዘኪራኮስ ም፡ 91

3 **አብ** ካብ **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ተፈልዩ ብርእሱ በይኑ ዝሠርሕ ኣይኮነን። ወልድ ውን ካብ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ተፈልዩ ብርእሱ በይኑ ዝሠርሕ ኣይኮነን። ከምኡ ድማ መንፈስ ቅዱስ ካብ **አብን** ወልድን ተፈልዩ ብርእሱ ዝሠርሕ ኣይኮነን። ነቲ **አብ** ዝደልዮ **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ይሠርሕዎ ደኣ እምበር። ባህሪኡም ሓደ ስለዝኾነ ሥራሖም ውን ሓደ እዩ። ብባህርይ ብጎበረ መልክዕ ሓደ ዝኾኑ ኣካላት ሠለስተ እዮም።

4 እቲ ሓደ ዘይተወልደን ዘይሠረፀን እዩ፡ እቲ ካልኣይ ዝተወልደ እዩ፡ እቲ ሣልሳይ ከኣ ዝሠረፀ እዩ። ምኽንያቱ **አብ** ኣይተወልደን፡ ካብ ዋላ ሓደ ኣይተረኽበን፡ ምርካቡ ውን ካብ ካልእ ኣካል ካብ ካልእ ባህርይ ኣይኮነን፡ ንሱ በይኑ መርከቢ ምንጪ እዩ እምበር። ብዘይካኡ ውን ካልእ መርከቢ የልቦን። ብሠለስትነቱ ከኣ ብቅድምና ዝነበረ እዩ። ወልድ ድማ ካብቲ መርከቢ ዘይብሉ ካብ ኣካል **አብ** ካብ ባህርይ **አብ** ተረኽበ እምበር ካብ ካልእ ኣካል ካብ ካልእ ባህርይ ዝተረኽበ ኣይኮነን። **አብ** ናይ ኵሉ ቅድምና ጥንት እዩ ንዘለዓለም ቀዳማዊ ዝኾነ **ወልድ** ድማ ካብኡ ተረኽበ ተወልደ። ከምኡ ውን **መንፈስ ቅዱስ** ካብቲ ናይ ወልድ መርከቢ ዝኾነ ካብ ኣካል **አብ** ካብ ባህርይ **አብ** ተረኽበ እምበር፡ ካብ ካልእ ኣካል ካብ ካልእ ባህርይ ዝተረኽበ ኣይኮነን። ብኵሉ ጊዜ ቀዳማዊ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኡ ካብ **አብ** ተረኽበ፡ ካብኡ ተረኺቡ ድማ ተፈልጠ። ዮሓ 8፡32።

5 ሠለስተ ኣካላት ብኵሉ ሥራሕ ሓደ እዮም። ከመይ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካብ **አብ** ስለዝተረኽቡ ከም **አብ** ውን ናይ ጥንቲ ጥንቲ እዮም። ኣቐዲምና ከም ዝበልናዮ ናይ ሥላሴ ቅድምናኣም ሓንቲ እያ። ከምኡ ውን ወልድ ምስ መንፈስ ቅዱስ ናይ ጥንቲ ጥንቲ እዩ። ቀዳማዊ ወልድ ጥንቲ ከይነበሮ ዘመን ውን ከይቀደሞ ካብ **አብ** ተወልደ። ብቅድምና ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ውን ዘመን ከይቀደሞ ካብ **አብ** ተረኽበ። ዮሓ 15፡26። 16፡27።

6 ወልድ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኮነ ብዝኾነ ሓሳብ ካብ **አብ** ፍሉይ እዩ ክበሃል

ዘኪራኮስ ም፣ ፶፩	ዘኪራኮስ ም፣ 91
ሕሊናት ወከማሁ መንፈስ ቅዱስኒ ኢይደሉ ይኩን ፍሉጠ እምህላዌ አብ ወወልድ ዘተወልደ እምኔሁ ወባሕቱ ህልው ለዓለም በኵሉ ጊዜያት ወአልቦቱ ጥንት ወልድኒ ዘተወልደ እምኔሁ ምስሌሁ ህልው ወለሊሁ ወልድ ዓዲ እግዚአብሔር ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስኒ ህልው ምስሌሆሙ ወለሊሁ ዓዲ መንፈስ ቅዱስ እግዚአብሔር ውእቱ አኮ ውእቱ ተወላዲ እምአብ ዘከመ ወልድ አላ ወፅአ እምአብ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢክልአት ዘከመ ይደሉ ለመንፈስ ቅዱስ ።	ኣይግባእን። መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብ **አብ** ካብ ዝተወልደ ባህርየ ወልድ ፍሉይ እዩ ክበሃል ኣይግባእን፡ ምስ **አብን** ወልድን ይነብር ደኣ እምበር። **አብ** ብኸኮሉ ጊዜ ዝነበረ ዘሎ ንዘለዓለም ውን ዝነብር ኣምላኽ እዩ፡ ኣርካቢ ውን የብሉን። ካብኡ ዝተወልደ ወልድ ውን ምስኡ ዝነበረ ዘሎ ዝነብር ውን እዩ፡ ንሱ ወልድ ኸኣ ኣምላኽ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ምስ **አብን** ወልድን ዝነበረ ዘሎን ዝነብርን እዩ፡ ንሱ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣምላኽ እዩ፡ ንሱ ከም ወልድ ካብ **አብ** ዝተወልደ ኣይኮነን። ምውፃእ ካብ ህልውና ከይፈለዮ ህልውና ኸኣ ካብ ምውፃእ ከይከልከሎ ንእስትንፋስነት ከምዝግባእ ካብ **አብ** ተረኽበ ደኣ እምበር።
፯ ወበእንተ ዝንቱ በአማን ኢኮነ ህልዎተ እግዚአብሔር አብ እምነ መኑሂ በከመ ንቤ ወወልድኒ ዓዲ እግዚአብሔር ውእቱ እስመ ፩ዱ ውእቱ አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘተወልደ ወአኮ ዘተፈጥረ ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ወዓዲ መንፈስ ቅዱስኒ እግዚአብሔር ውእቱ እስመ ኢኮነ ፀአቱ እምካልእ አላ እምነ አብ ውእቱ በከመ ንቤ ቅድመ።	7 ስለዚ ድማ ከምቲ ዝበልናዮ ብሓቂ እግዚአብሔር **አብ** ካብ ዋላ ሓደ ኣይተረኽበን። ከምኡ ውን ወልድ እግዚአብሔር እዩ። ከመይ ሓደ ንሱ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ ምስ ባህርየ **አብ** ሓደ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ከምኡ ውን **መንፈስ ቅዱስ** እግዚአብሔር እዩ፡ ከመይ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ምርካቡ ካብ **አብ** እምበር ካብ ካልእ ኣይኮነን።
፰ ወለቦቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት እስመ ዕሩያን እሙንቱ በኵሉ ግብር ወአልቦ ዘይክል መኑሂ ያእምር ርእሶ ለእግዚአብሔር አብ ዘእንበለ ዳእሙ ሕሊናሁ ወልድ የአምሮ ወዓዲ ኢይክል መኑሂ ያእምሮ ለወልድ ዘእንበለ ዳእሙ ልቡናሁ አብ የአምሮ ወከማሁ ለመንፈስ ቅዱስኒ አልቦ ዘየአምሮ። ማቴ ፲፩፡፳፯። ፩ቆሮ ፪፡፲-፲፩።	8 ንሠለስቲኦም ሓደ ባህርይን ሓደ መለኮትን ናቶም እዩ። ከመይ ብኸኮሉ ሥራሕ ሓደ እዮም። ንባህርይ እግዚአብሔር **አብ** ብዘይካ'ቲ እቲ ሕሊናኡ ዝኾነ ወልድ ደኣ ይፈልጦ እምበር ክፈልጦ ዝኽእል ዋላ ሓደ የልቦን። ከምኡ ውን ንወልድ ብዘይካ'ቲ ልቡ ዝኾነ **አብ** ደኣ ይፈልጦ እምበር ክፈልጦ ዝኽእል ዋላ ሓደ የልቦን። ከምኡ ውን ንመንፈስ ቅዱስ ዝፈልጦ የልቦን። ማቴ 11፡27። 1ይ ቆሮ 2፡10-13።
፱ ወኢይክል መኑሂ እምነ ፍጡራን ይለቡ ፍልጠተ አካላት ወመልክዐት በዘዘዚአሆሙ ዘእንበለ ዳእሙ የአምር ዝክተ በአርአያ ወበአምሳል ወአካላት ፍሉጣት እሙነ ወአልቦ በመለኮት ፍልጠት ወኢይከውን ዝንቱ አላ	9 ካብ ፍጡራን፡ ንኣካላትን መልክዓትን በብናቶም ፈልዩ ክፈልጥ ዝኽእል የልቦን። ብመልክዕን ብኣምሳልን ደኣ ነዚ ይፈልጥ እምበር። ብሓቂ ኣካላት ፍሉያት እዮም። ብባህርይ ግና ምፍላይ የለን። እዚ ኣይከውንን እዩ። ብባህርይ፡ ብምንባርን

ዘኪራኮስ ም፣ ፯፩	ዘኪራኮስ ም፣ 91
እሙንቱ ስንዕዋን በመለኮት በህልዎ ወበሥምረት ወንሕነ ነአምሮ ለኮሉ አካላት በዘዘዚአሁ ወለኮሎሙ ፩ዱ መለኮት ፍጹም ወ፩ዱ ህላዌ ለለ፩ዱ ፩ዱ አካል በዘዘዚአሁ።ዮሐ ፲፬፡፲-፲፪።	ብፍቻድን ሓደ እዮም እምበር። ንሕና ንነፍስ ወከፍ ኣካል ብገንዘቡ ንፈልጦ፣ ንኮሎም ውን ሓደ ፍጹም መለኮት ገንዘቦም እዩ። ነፍስ ወከፍ ኣካል ብባህርይ ሓደ እዩ። ዮሓ 14፡8-12።
፲ ወለእመ አእመርነ ከመ ፫ቱ አካላት ፩ዱ አምላክ ወ፩ዱ ህላዌ ዘከመ ክሥተተ ነፍሳቲነ ኢንትህበል ንረሲ እምነ መለኮት ቦ ልዑል ወቦ ትሑት ዘከመ ገብረ ዓብድ አቡሊናርዮስ እስመ ውእቱ ይቤ እመሰ ኮነ መንፈስ ቅዱስ ዓቢየ እስመ ወልድ ዋሕድ የዓቢ እምኔሁ ወዘረሰዮ ዓቢየ ለወልድ እመንፈስ ቅዱስ ይቤ አብኒ የዓቢ እምወልድ ናሁ ማሰና ነገራት ዘክሡታት በአብ ወጠፍአ ልቡናሁ ወካዕበ ይቤ እስመ መለኮተ አብ ኢይደሉ ይትገመር ወለመለኮተ ወልድሰ ይደሉ ይትገመር ከመ ንባቡ እኩይ ወከመዝ ሐለዩ በመንፈስ ቅዱስ ወእሙንቱሰ ይነቡ በዘያብሕም ልሳናቲሆሙ እንተ ኢኮነት ግሥፅተ።	10 ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣምላኽ ሓደ ባህርይ ከምዝኾኑ ከም መጠን ሥፍሓት ኣእምሮና እንተ ደኣ ፈሊጥና፣ ከምቲ እቲ ኣእምሮ ዘይብሉ ኣቡሊናርዮስ ዝገበሮ ‹ካብ መለኮት ልዑል ኣሎ ትሑት ውን ኣሎ› ክንብል ኣይግባእን እዩ። ንሱ፡- ‹መንፈስ ቅዱስ ካብ ፍጡራን ዝበልጽ ካብ ኮነ፣ ወልድ ዋሕድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ይበልጽ እዩ› ኢሉ ኣሎ። እቲ ‹ወልድ ካብ መንፈስ ቅዱስ ይበልጽ እዩ› ዝበለ ኣቡሊናርዮስ፣ ‹ኣብ ውን ካብ ወልድ ይበልጽ› በለ። ብኣብ ዝተገልጹ ምሥጢራት እንሆ ጠፍኡ።መሠረትነቱ ኸኣ ጠፍኡ። ደጊሙ ውን ቡቲ ኽፉእ ዘረባኡ ‹ናይ ኣብ መለኮት ክውሰን ኣይክእልን እዩ፣ ናይ ወልድ መለኮት ግና ክውሰን ይከኣል› እዩ በለ። እኒ መቕደንዮስ ውን ኣብ ልዕሊ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ በሉ። ንሳቶምሲ ነታ ዘይተቐጽዐት ልሳኖም መልሲ ዘሰእን ነገር ይዛረቡ ኣለዉ ።
፲፩ ለነሰ ለርቱዐን አኮ ከመዝ ሃይማኖትነ አላ አሐደ አምላክ ንሰብክ ወአሐደ ህላዌ ወአሐደ መለኮተ ወአሐደ ኃይለ ወኢንበል ከመ በዝየ ሱታፌ ለለ፩ዱ ፩ዱ አካላት በከመ ይቤ ዮሐንስ ዘይሰመይ ተዐቃቤ ዘይትሜካሕ በዕበዱ ወ፩ዱ ውእቱ ምስለ እለ ይብሉ ፫ቱ አማልክት ወ፫ቱ ህላዌያት ወአኮ ዝንቱ ንባበ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን አላ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምአካላት ነአምሮ በአካሉ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር በህላዌሁ ወመለኮቱ ዘዚአሁ ዘውእቱ ፩ዱ ፩ዱ እም፫ቱ አካላት እለ ለበውናሆሙ ወአኮ በካልእ ግብር።	11 ‹ብኣካል ሠለስተ፣ ብባህርይ ሓደ› ኢልና እንኣምን ሓደ ኣምላኽ እናበልና ደኣ ንሰብኽ እምበር ግና ሃይማኖትና ከምዚ ኣይኮነን። ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት ሓደ ኃይሊ ንብል። በዚ ድማ ምስቶም ‹ሠለስተ ኣማል ኽቲ ሠለስተ ባህርያት› ዝብሉ መናፍቓን ሓደ ዝኾነ፣ ብድንቂርናኡ ዝምካሕ ተዐቃቢ ዝበሃል ዮሓንስ ከምዝበሎ፣ ናይ ነፍስ ወከፍ ኣካላት ይኽፈል እዩ ኣይንብልን። እዚ ኣበሃህላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኣይኮነን። ከመይ ካብ ኣካላት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ብዝተፈልየ ኣካሉ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከም ዝኾነን መለኮት ውን ገንዘቡ ከምዝኾነን ኣይንፈልጥን ኢና። እዚ ድማ ብምትሕ ውዋስ ዘይኮነስ ብሠለስትነት ካብ ዝፈለጥናዮ ም ንነፍስ ወከፍ ካብ ሠለስተ ኣካላት እዩ።
፲፪ ወአልቦ በውስተ አካላት ሕፀፅ አላ ፍጹማን እሙንቱ በኵሉ ግብሮሙ	12 ብኵሉ ሥራሐም ሓደ እዮም እምበር ኣብ ኣካላት ምብልላጽ ምንኣኣስ የልቦን።

ዘኪራኮስ ም፣ ፶፩	ዘኪራኮስ ም፣ 91
እስመ ለለፀዱ ፀዱ እምኔሆሙ ቀዋሚ በበመልክዑ እንበለ ቱስሕት ወእሉሰ ፀራፍያን አብዳን ይብሉ ከመ ወልድ ኢኮነ ህልወ ዳእሙ ተወልደ ድኅረ ወኢያእመሩ እሉ ኅጉላን ከመ አብ ኢሀሎ ጊዜ እምጊዜያት ዘእንበለ ወልድ ወዘእንበለ መንፈስ ቅዱስ ።	ከመይ ካብኣቶም ነፍስ ወከፍ ብዘይምትሕውዋስ በብኣካሉ ጸኒዑ ዝነብር እዩ። መዓርግ ዘበላልጹ ከሓድያን ግና ‹ወልድ ደኃር ዝተረክበ እምበር ብቅድምና ኣይነበረን› ይብሉ። እዞም ኣእምሮ ዘይብሎም መናፍቓን፥ **አብ** ካብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተፈልዩ ዝነበረሉ ጊዜ ከምዘየልቦ ኣይፈለጡን።
፲፫ ንሕነሰ ንትገኅሥ እምተሀብሎቶሙ ዲበ ዝንቱ ክሕደት እስመ ኢንብል ከመ መለኮት ኢሀሎ ወባሕቱ ህልው ለዓለም ወይነሥኡ እምኔሁ ፫ቱ አካላት አሐደ መለኮተ ወኢያጌብረነ ግብር በምክንያተ ዝንቱ ነገር ከመ ንበል እስመ ሥሉስ ቅዱስ ዘፀዱ መለኮት ወ፫ቱ አካላት በከመ ይቤ አብድ ሰባልዮስ እስመ ዘንቤ ከመ ውእቱ አሐዱ ሰባልዮስ እስመ ዘንቤ ከመ ውእቱ አሐዱ መለኮት ዝኩሰ ኢይብል ከመ ፀዱ ውእቱ ለ፫ቱ አካላት ወባሕቱ ይብል ፀዱ አካል።	13 ንሕና ግና ካብቲ ደፊሮም ዝዛረብዎ ካብዚ ክሕደት'ዚ ንርሓቕ። መለኮት ከምዘየለ ኣይንዛረብን። እኳ ደኣ ንዘለዓለም ይነብር፣ ካብኡ ውን እዞም ሠለስተ ኣካላት ነቲ ሓደ መለኮት ገንዘብ ይገብሩ። ብምኽንያት እቲ 'ብመለኮት ሓደ እዩ' ምባልና ሥሉስ ቅዱስ ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ሓደ እዮም እምበር ከምቲ ዓሻ ሰባልዮስ ዝበሎ ክንብል ኣየገድደናን እዩ። ከምቲ ንሕና መለኮት ሓደ ከምዝኾነ እንዛረቡ፣ ንሱ (ሰባልዮስ) ሓደ ኣካል ይብል› እምበር ናይ ሠለስተ ኣካላት መለኮት ሓደ ከምዝኾነ ኣይዛረብን እዩ።
፲፬ ወውእቱ ሐለየ ከመ ውእቱ ይትዌለጥ በበጊዜሁ በአርአያ ዘአልቦቱ አምሳል ወናሁ ሰክረ ዝንቱ አብድ እምነቅዐ ዲያብሎስ ወልሕቀ ቦቱ ወለተሀብሎተ ዝንቱ ሰባልዮስ ንሕነ ንትቃወሞ ለነገሩ እንዘ ንብል እስመ ፫ቱ አካላት ህልዋን ለዓለም እንዘ ኢይትፈለጡ ወኢይትፋለሱ።	14 ንሱ ሰባልዮስ፥ ኣምሳል ብዘይብሉ ኣካል በብጊዜኡ ከምዝለዋወጥ ተዛረበ። ኣእምሮ ዘይብሉ ሰባልዮስ ካብ ዲያብሎስ ብዘንቅየ ክሕደት ሸኸረ፣ ኣብ ክሕደት ከኣ ጸንዐ። ነዚ ሰባልዮስ ደፊሩ ዝበሎ ክሕደት ከኣ ንሕና ‹እዞም ሠለስተ ኣካላት ብስም ብግብሪ ተፋልሶ፣ ብመለኮት ድማ ተፈልጠ ከይሃለዎም ንዘለዓለም ይነብሩ› እናበልና ንነገሩ ንቃወሞ።
፲፭ ወአልቦ በውስተ ቅድስት ሥላሴ ምንትኒ እምነ ተፋልሶ አብሰ ህልው በአማን ወኢይትፋለስ ከመ ይኩን ወልደ ወከማሁ ወልድኒ ለሊሁ ወልድ ኢይትዌለጥ ከመ ይኩን አበ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ ለሊሁ መንፈስ ቅዱስ ኢይትዌለጥ ወኢይትፋለስ ከመ ይኩን አበ ወኢወልደ ወሠለስቲሆሙ ፀዱ መለኮት በከመ እቤ ዘንተ ብዙኃ ጊዜያት ወኢይትዐወቅ ተፋልሶ በበይናቲሆሙ አላ ህልዋን አካላት በበመልክዖሙ።	15 ኣብ ሠለስተ ኣካላት ዋላ ሓደ ምልውዋጥ የልቦን። **አብ** ብኣካሉ ብግብሩ ብሓቂ ቀዋሚ እዩ፣ ናብ ወልድ ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ከምኡ ወልድ ውን ወልድ እዩ፣ ናብ **አብ** ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ከምኡ መንፈስ ቅዱስ ድማ መንፈስ ቅዱስ እዩ፣ ናብ **አብ** ወይ ወልድ ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ነዚ ደጋጊመ ከምዝበልክዎ ሠለስቲኡም ብመለኮት ሓደ እዮም፣ ኣካላት በብመልክኦም ጸኒኦም ይነብሩ እምበር ነንሓድሕዶም ምልውዋጥ የብሎምን።

ዘኪራኮስ ም፣ ኀዕ	ዘኪራኮስ ም፣ 91
፲፭ ንትዐቀብ ከመ ኢንምህር ልሳናቲነ በዝንቱ መካን ከመ ንበል ፫ተ አማልክተ ወ፫ተ ህላዌያተ እስመ ዘይብል ዘንተ ናሁ ተህበለ ያስተጋብእ ሎቱ ብዙኃነ አማልክተ ዳእሙ እሙንቱሰ ይትጎፈሩ በኵሉ ጊዜ አመ ይሰምዑ እምኔነ ከመ ፭ዱ ውእቱ መለኮት ወዝንቱ ውእቱ እምነትነ በቅድስት ሥላሴ በአምጣነ ድካመ ንባብነ ዘከመ መህሩነ አበዊነ ንጹሐን።	16 በዚ ዓንቀጽ'ዚ ‹ሠለስተ አማልክቲ ሠለስተ ባህርያት› ኢልና ብልሳንና ከይንምህር ንጠንቀቕ። ነዚ ዝብል ብዙኃት አማልክቲ ኻክእክብ ደፊሩ እዩሞ፣ እንተኾነ ግና ካባና መለኮት ሓደ ከምዝኾነ ምስ ሰምዑ ንሳቶም ኵሉ ጊዜ ይጎፈሩ። ንጹሓን አቦታትና ዝመሃሩና ከም መጠን ድኻም አእምሮና ብቅድስት ሥላሴ እንአምኖ እምነት እዚ እዩ።
፲፮ ወኢንብል ከመ ፫ቱ አካላት ተሠገዉ በሥጋ ወኢሥላሴ በ፭ዱ አካል ከመ ይሠገዉ አላ ፭ዱ አካል እም፫ቱ አካላት ዘውእቱ እግዚአብሔር ቃል ጥበቡ ለአብ ወኃይሉ ብርሃነ ጽድቅ ዘያበርህ እምብርሃነ አብ ብሩህ አምላክ ዘኢይትዌለጥ እምአምላክ ዘበአማን ዘተወልደ እመለኮተ አብ።	17 ሠለስተ አካላት ሥጋ ከምዝተዋሓዱ ኣይንዛረብን፣ ወይ ከኣ ሥላሴ ምእንቲ ሰብ ክሞኑ ሓደ ኣካል ኮኑ ኣይንብልን። ካብ ሠለስተ አካላት ሓደ ኣካል ሰብ ኮነ ንብል እምበር። ንሱ ድማ ናይ **አብ** ጥበቡ ኃይሉ ዝኾነ፣ ካብ ብሩህ ብርሃን ዝተረኽበ ዘብርህ ሓቀኛ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ዘይልወጥ ኣምላኽ ካብ **አብ** ኣካል ዘእምአካል ባህርይ ዘእም ባህርይ ዝተወልደ እግዚአብሔር ቃል እዩ።
፲፯ ለሊሁ ተዋረደ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒተ እጓለ እመሕያው ተሠገወ ወኮነ ሰብአ እምህላዌ ንጽሕት ድንግል ማርያም እንተ ኢተአምር ብእሴ በሥምረተ አብ ወመንፈስ ቅዱስ እለ ቦሙ ሥምረቱ ወኢያውረደ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ በከመ ይቤሉ ሰብእ በዕበዶሙ ወኢቦአ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም ከመ ማይ እምነ ውኂዝ አላ ኮነ ሰብአ ዘበአማን ቃል ሕያው ለሊሁ ተሠገወ በከርሠ ድንግል በሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት በ፭ዱ ህላዌ አካላዊ ዘኢይትነገር።	18 ንሱ በቲ ዳጎራይ ዘመን ሰብ ንከድጎን ትሕት ኢሉ፣ ካብ ባህርይ እታ፣ ሰብኣይ ዘይትፈልጥ ቅድስት ድንግል ማርያም ከምቲ ፍቓዱ ፍቓዶም ዝኾነ ብፍቓድ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ከምቲ ሰባት ኣእምሮ ብምስኣኖም ዝብልዎ ካብ ሰማይ ሥጋ ጎዙ ኣይመጸን። ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብሓቂ ሰብ ኮነ እምበር ከም ማይ መስኖ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኣትዩ ዝወጸ ኣይኮነን። ሕያው ቃል ንሱ፣ ዘይምርመር ኣካል ዘለዎ ሓደ ባህርይ ብምኻን እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ኣብ ማኅፀን ድንግል ወሲዱ ሰብ ኮነ።
፲፰ ወእንዘ ፭ዱ ውእቱ አካል ዘእግዚአብሔር ቃል ተሠገወ በሥጋ ፍጹም ወእንዘ ፭ዱ ግብር ወ፭ዱ ሥምረት ዘእንበለ ትድምርት ወኢትሱሕት ወዘእንበለ ፍልጠት ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ከመዝ ተወልደ እምኔሃ በመንክር	19 ኣካል ናይ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ክኸውን ከሎ ፍጹም ሥጋ ተዋሓደ። ምትሕውዋስ ምጥፍፋእ ኮነ ናብ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ምክፋል ከይሃለዎ ሓደ ግብሪ ሓደ ፍቓድ ኮይኑ፣ ድንግልና ልደት ከይከልከሎን ድንግልና ልደት ከይለወጠን ብዘደንቕ ምሥጢር ብከምዚ

ዘኪራኮስ ም፡ ፺፩	ዘኪራኮስ ም፡ 91
ግብር ዘእንበለ ክልኣት ወበእንተ ዝንቱ ከሠተ ለነ ከመ ድንግል ማርያም ንጽሕት ወላዲተ አምላክ ይእቲ እስመ እግዚአብሔር ቃል ተወልደ እምኔሃ ሥግው ዘበአማን ።	ካብኣ ተወልደ። ስለዚ ድማ እግዚአብሔር ቃል ብሓቂ ሰብ ኮይኑ ካብኣ ስለ ዝተወልደ፡ ንጽሕት ድንግል ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ከምዝኾነት እዚ ልደቱ ኣረድኣና።
፳ ወኮነ ዝንቱ አሐዱ ብእሲ ፍጹም ዘእንበለ ፍልጠት ወአኮ ለሊሁ ዘተፈጥረ ቅድመ ብእሲ ወእምዝ ኃደረ ውስቴቱ አምላክ ዘከመ ሐለየ ዝኩ ተመክዐቤ ክሕደት ንስጥሮስ ወመምህራኒሁ ርኩሳን ዘውእቶሙ ጳውሎስ ሳምሳጢ ወድያድርስ ወትዮድርስ ዘፈጠሩ ነገረ በዕበዶሙ ወክሕደቶሙ ።	20 እዚ ሓደ፡ ከይተኸፍለ ፍጹም ሰብ ኮነ። ንሱ ኣቐዲሙ ዕሩቕ ብእሲ ተረኺቡ ደኃር ኣምላኽ ዝኃደሮ ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ከምቲ ክሕደት ዘራብሕ ንስጥሮስ ዝበሎን፡ ከምኡ ውን እቶም በቲ ድንቁርናኦምን ክሕደቶምን ልብ ወለድ ዝመስል ነገር ዝተዛረቡ ርኹሳት መማህራኑ እኒ ጳውሎስ ሳምሳጢን ድያድርስን ትዮድርስን ዝበልዎ እዩ።
፳፩ ወይቤሉ ከመ ቃል ወልደ እግዚአ ብሔር ቦአ ውስተ ድንግል ከመ ማይ ዘይውኅዝ ወኢተሠገወ እሙነ እምሥጋሃ ወደማ ወዐጽማ አመ ኮነ ሰብአ በሥርዓት ወኢበግብረ ተፋልሶ ወባሕቱ ውእቱ እግዚአብሔር ዘበአማን ወእሉሰ ይፈስይዎ ክልኤተ ህላዌያተ ወክልኤተ አካላተ አምላክ በባሕቲቱ ወሰብአ በባሕቲቱ ወያበጽሑ ክልኤተ እግዚአ ወፀተ አካለ ወፀተ መሢሐ ወይፈስይዎ ለሥላሴ ርቡዐ ወይሰግዱ ለፅዱ ፈጣሪ ወለካልኡ ፍጡር።	21 'ወልደ እግዚኣብሔር ኣካላዊ ቃል ከም ማይ መስኖ ኣትዩ ወጸ እምበር ብተዋሕዶ ብዘይምልዋጥ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ኣብ ማኅፀና ነፍስን ሥጋን ዓጽምን ወሲዱ ብሓቂ ሰብ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ' በሉ። ንሳቶም ግና ኣምላኽ ንበይኑ ሥጋ ድማ ንበይኑ ጌሮም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ይገብርዎ። ክልተ ጐይታ፡ ክልተ ኣካል፡ ክልተ ክርስቶስ ከምዝኾነ ይዛረቡ። ንሥላሴ ኣርባዕተ ይገብርዎ። ነቲ ሓደ ፈጣሪ፡ ነቲ ሓደ ኸኣ ፍጡር ኢሎም ይሰግዱ።
፳፪ ንሕነሰ ናኣትት ወናሴስል እምኔነ ዘንተ ክሕደተ ርኩሰ ዘውእቱ ከመዝ ወኢይደልወነ ንበል ከመ ውእቱ ተፈጥረ ብእሲ ወእምድኅረዝ ለብሰ እግዚአብሔርሃ ወኢኮነ ዝንቱ ልደት አላ ርኁቅ ውእቱ እምልደት በከመ ይቤ ንጹሕ መምህር ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘእንዚናዙ።	22 ንሕና ግና ነዚ ርኹስ ክሕደት ካባና ነርሕቕ ኣሎና። ንሱ ድማ እዚ ከምዚ ዝበለ እዩ። ዕሩቕ ብእሲ ኮይኑ ተፈጢሩ ደኃር እግዚኣብሔር ዝኃደሮ እዩ ክንብል ኣይግባእን። እዚ ተወሊዱ ኣየብልን'ዩ፡ እኳ ደኣ ተወሊዱ ካብ ምባል ርሑቕ እዩ። ናይ እንዚናዙ ኤጲስቆጶስ ንጹሕ መምህር ጎርጎርዮስ ከምዝበሎ።
፳፫ ወዳእሙ ንሕነ ንብል ምስለ ቢጸ ሐዋርያት አትናቴዎስ ዘነበረ ዲበ መንበረ ማርቆስ ወንጌላዊ ዘአብርሀ ኵሎ ሀገረ እንዘ ይብል ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወዓዲ ለሊሁ ሥጋ ነባቢ ሥጋ	23 ምስቲ ኣብ መንበር እቲ ወንጌል ዝጸሓፈ ማርቆስ ዝተሾመን፡ ንሓዋርያት ዝመሰለን፡ ከምኡ ውን 'እቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ ንሱ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ እዩ፡ ከምኡ ውን እቲ እግዚኣብሔር ዝተዋሓዶ ዝዛረብ ሥጋ ብነፍሱን ብሥጋኡን ፍጹም ኣካል ዘለዎ እዩ' ብምባል፡ ኃሾሉ ሰብ ብትምህርቱ ዘፍለጠ

ዘኪራኮስ ም፣ ፯፩

እግዚአብሔር ቃል ዘቦቱ አካል ፍጹም ውእቱ በነፍሱ ወበሥጋሁ።

፯፬ ወንሕነኒ ንነጽር ኀበ ፩ዱ አካል ንቡር ወ፩ዱ ህላዌ ሥግው መለኮት ወትስብእት ፍጹማን ዘዘዚአሆሙ ወንፅ ቀብ ተዋሕዶተ ህላዌ እንተ ትሜህረነ ኢኀብረተ ህላዌያት በአርአያ መለኮት ዘእንበለ ዐቅም ወኢኀልቀ እስመ ኀበ ህለው ፪ቱ ህላዌያት ህየ ይሄልው ፪ቱ አካላት ወኢለበው ከመ ዝንቱ ይከውን ክፍላተ ለዘኢይቶሳሕ ወበእንተ ተራኀቆተ አካላትሰ ወህላዌያት ይከውን ፍልጠተ ፩ዱ እምካልኡ ወናሁ ይከውን በህየ ኀልቀ።

፯፭ ንሕነሰ ንትአመን ከመ ዝንቱ ውእቱ አሐዱ ዋሕድ ዘነአምሮ ውእቱ ዘኢያስተርኢ ወውእቱ ዘያስተርኢ ውእቱ ዘኢየሐምም ወውእቱ ዘተወክፈ ሕማመ ውእቱ ዘሞተ በእንቲአነ ወውእቱ ዘኢይመውት እስመ ግዑዝ ውእቱ እምነ ሞት ወሙስና ወዳእሙ ተወክፈ ሞተ በሥጋሁ ቤዛነ አኮ ፩ዱ በባሕቲቱ ወካልኡ በባሕቲቱ ወዝንቱሰ ኢይከውን እስመ ውእቱ ግዑዝ እምኮሉ አምሳል ወውላጤ አላ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሰብአ ዘበአማን እንዘ ኢይትፋለስ ኀበ እንለ እመሕያው ወኢኀበ ህላዌ ነፍስ ወከማሁ ዘያስተነፍስሂ ለሊሁ ዘከመ ግብሩ ሥጋ ወኢይትፋለስ ኀበ ህላዌ መለኮት ወባሕቱ ተዋሕዶሰ ፍጹም በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል።

፯፮ እግዚአብሔር ቃል ተሠገወ ዘከመ መሀሩነ አበዊነ ንጹሓን ንሰብክ ቦቱ ከመ ወልድ ዋሕድ ዘውእቱ ቃል ሕያው ፩ዱ አካል ኮነ ሥጋ ወአኮ ዘነሐፅፅ እምኔሁ ምንትኒ ወኢንዌስክ ቦቱ ወምስለ ዝኒ ዓዲ ንሕነሰ ንጐይይ እማኀበረ ኬልቄዶን ዘተገብረ ቦቱ ኮኑ ክሕደት ወእምነ ጠማረ

ዘኪራኮስ ም፣ 91

ኣትናቴዎስ፣ ምስኡ ንሕና ክንዛረብ ኢና።

24 ንሕና ውን ናብቲ ብተዋሕዶ ጸኒዑ ዘሎ ሓደ ኣካልን፣ ሰብ ዝኾነ ሓደ ባህርይን ንጥምት። መለኮትን ትስብእትን በብገንዘቦም ፍጹማን እዮም። ክልተ ባህርያት እንተልዮም ክልተ ኣካላት ስለዘለዉ፣ ነታ ምውሳን ኮነ ምኽፋል ብዘይብሉ ብግብረ መለኮት ናይ ባህርያት ዘይምትሕውዋስን እትምህረና ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ንሓሉ። እዚ ክልተ ምባል ምትሕውዋስ ብዘይብሉ ባዕሉ ምክፍፋል ከምዘምጽእ ኣይፈለጡን። ኣብ ኣካላትን ባህርያትን ዘይምዋሕሓድ፣ ነቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ምፍላይ እዩ ዝኸውን፣ እንሆ በዚ ቀጽሪዝ ክልተ ምባል ይመጽእ።

25 ንሕናስ እንፍልጠ፣ እዚ ሓደ ንሱ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን። እቲ ዘይርአ ንሱ እዩ። እቲ ዝርአ ውን ንሱ እዩ። ዘይሓምም ንሱ እዩ፣ ሕማምን መከራን ዝተቐበለ ውን ንሱ እዩ። ምእንታና ዝሞተ ንሱ እዩ፣ ሞት ዘይብሉ ኾኣ እዩ። ካብ ሞት ካብ ምልዋጥ ዝረሓቐ ንሱ እኳ እንተኾነ በጃና ንሱ ብሥጋ ሞት ተቐበለ። እቲ ሓደ ንበይኑ እቲ ካልእ ድማ ንበይኑ ዘሎ ኣይኮነን። እዝስ ኣይከውንን እዩ። መሲልካ ካብ ምርኣይ ካብ ምልዋጥ ዝረሓቐ እዩ እሞ ንሱ እግዚአብሔር ቃል ናብ ሥጋ ወይ ነፍሲ ምኻን ከይተለወጠ ደኣ ብሓቂ ሰብ ኮነ። ብነፍሲ ሕያው ኮይኑ ዝነብር ሥጋ ድማ ተፈጥሮኡ ብምኻኑ ሥጋ እዩ፣ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ኣይልወጥን እዩ። እንተኾነ ግና ተዋሕዶ፣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ፍጹም እዩ።

26 እግዚአብሔር ቃል ሰብ ኮነ። ንጹሓን ኣቦታትና ከምዝመሃሩና ‘ንሱ ሓደ ወልድ እዩ’ ኢልና ንምህር። እዚ ድማ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ሕያው ቃል ሰብ ኮነ ማለት እዩ። በዚ ካብኡ ገለ ንንክየሉ ወይ ንውሰኽሉ ኣይኮነን። ናይ ቃል ካልኣይ፣ ናይ ሥላሴ ራብዓይ እዩ ኢልና ኣይንዛረብን። ምስ'ዚ ኾኣ ካብቲ ካብ ደብዳቤ ከሓዲ ልዮን ንክሕደት

ዘኪራኮስ ም፡ ፶፩	ዘኪራኮስ ም፡ 91
ልዮን ርኩስ ከሐዲ ዘሰበከ ገሀደ በተሀብሎ ክሕደተ አቡሆሙ ንስጥሮስ።	አቦኦም ንስጥሮስ ብድፍረት ገሊጾም ዝሰበኹሉን ኮሉ ክሕደት ዝተገብረሉን ካብ ማኅበር ኬልቄዶን ንርሕቕ።
፷፯ ወአስተርአዩ በአልባሰ አባግዕ እንዘ ይከሥቱ አሐደ አካለ ወመሰሎሙ ወኢይከሥቱ ፪ቱ በብሂሎቶሙ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ አርአያ ወ፪ቱ ግብራት ወይቤሉ እስመ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምነ አርአያ ይገብር በሱታፌሁ ለዘተቃረቦ ዝሰ አኮ ዘያጤይቅ ፩ደ አካለ አላ ብዙኃ አካላት ይትአመኑ ምስለ ንስጥሮስ እስመ ንስጥሮስ ከደነ ባህለ ፪ተ በብሂሎቱ ፩ደ ገጸ ወሐለየ ከመ ውእቱ የኅብእ ኅብረተ ዘኮነ እም፪ቱ ህላዌያት ወባሕቱ ኢደለወ ይኩን ሎቱ ዘከመ ሐለየ ወእምዝ አበየነ ወሰበከ ክልኤ መሢሐ ወአኮ አሐደ ወከመዝ አይድዐተነ ንባበ ዚአሁ ንጽሕት ቤተ ክርስቲያን።	27 ሓደ ኣካል ብምባል ንምእመናን መሲሎም ተራእዩ። ክልተ ባህርይ ክልተ ፍቓድ ክልተ ግብሪ ብምባሎም ክልተ ኣካል ዘይበሉ መሰሎም። ነፍስ ወከፍ ካብ ባህርያት ንዝሰማምያ ዝመሰሎ ይሠርሕ በሉ። እዝስ ከም ንስጥሮስ ደኣ ብብዙኃት ኣካላት ይኣምኑ እምበር ንሓደ ኣካል ምባል ዘረድእ ኣይኮነን። ንስጥሮስ ነቲ ካብ ክልተ ባህርያት ዝተረኽበ ሓድነት ኀቢጥፍእ ክሓስብ ከሎ ሓደ ገጽ ብምባል ነቲ ክልተ ኣካል ምባል ሠዊሩ ተዛረበ። እንተኾነ ግና ከምቲ ዝሓሰቦ ስለዘይኮነሉ ብድኅርዚ ከፊሉ ሓደ ኣካል ዘይኮነስ ክልተ ክርስቶስ ኢሉ መሃረ። ነዚ ናቱ ነገር ውን እታ ካብ ክሕደት ዝረሓቐት ቤተ ክርስቲያን ከምዚ እናበለት መሃረትና።
፷፰ ወእሉሰ ረሲዐን እለ ተጋብኡ ዓዲ በኬልቄዶን ወመልእክተ ልዮን ዐላዊ ሰበኩ ፪ተ ህላዌያተ ወ፪ቱ አርአያ ወይቤሉ እስመ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምነ አርአያ ይገብር በሱታፌሁ ለዘተቃረቦ ባሕቲቱ ዘከመ ሐልዮቶሙ መኑ እምሰብእ ዘይሰምዕ ዘንተ ንባበ ወኢይደመም እመሰ ይትአመኑ በ፪ቱ ህላዌያት ኢይደሉ ይትረከብ አካል ዘእንበለ አምሳሉ ለአካል ዘውእቱ አርአያሁ ወእሉሰ ስንዕዋን እንከ ምስለ ዘይቤ ፪ቱ ህላዌያት ወምስለ ዘሰበከ ፪ተ አካላተ በ፩ዱ ገጽ ዘውእቱ ተሳት ፎቶሙ በግብሮሙ ንስጥሮስሀ ዐላዌ።	28 ከምኡ ውን እቶም ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ፡ ንተዋሕዶ ዝዘንግዑን መልእኽቲ ከሓዲ ልዮንን ክልተ ባህርይ ክልተ ግብሪ ከምዝኾነ መሃሩ። ከም ኣተሓሳስባኦም፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ ባህርያት በይኑ ዘዝሰማምያ ዝመሰሎ ይሠርሕ። መን እዩ ካብ ሰብ ነዚ ሰሚዑ ዘይግረም፡ ብኽልተ ባህርያት ካብ ኣመኑስ፡ ባህርይ ብዘይ ኣካል ክርከብ ኣይክእልን እዩ፡ ኣካል ውን ኣካል ብዝመስል ባህርይ እዩ እምበር ብዘይ ባህሪኡ ክርከብ ኣይክእልን እዩ። እዚ ድማ ባህርይ እዩ። ንሳቶም ምስቲ ክልተ ባህርያት ዝብልን ምስቲ ክልተ ኣካላት ዝመሃረን ሓደ እዮም። እዚ ድማ ቤቲ ቕሕደቶም ንከሓዲ ንስጥሮስ ምምሳሎም እዩ።
፷፱ ወማኅበረ ኬልቄዶን ሰበኩ ፪ተ ህላዌያተ ወ፪ቱ አርአያ ወ፪ቱ ግብራተ በ፩ዱ አካል ሐልዮሙ ዘከመ ሀሎ ውስተ ጦማረ ልዮን ዐላዊ ኢትራእዩኑ ዘከመ ይቤ ታኦድረጣ ይደሉ ይኩን ግብር ዘ፪ቱ ህላዌያት ይትሉ አካል ወአኮ ህላዌ ወለነሰ አኮ	29 እዞም ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ ከምቲ ኣብ ደብዳቤ ከሓዲ ልዮን ዘሎ፡ ኣብ ሓደ ኣካል፡ ክልተ ባህርይ ክልተ ፍቓድ ክልተ ግብሪ ከምዘሎ ሓሲቦም መሃሩ። ታኦድረጣ፡ ናይ ክልተ ባህርያት ግብሪ ንባህርይ ዘይኮነስ ንኣካል ክስዕብ ይግባእ ከምዝበለ ኣይተስተውዕሉን ዲዩም፡ ንኣናስ እታ መኅደሪት እግዚኣብሔር ዝኾነት

ዘኪራኮስ ም፡ ፶፩	ዘኪራኮስ ም፡ 91
ከመዝ ዘመሀረተነ ቤተ ክርስቲያኑ ለእግዚአብሔር ንጽሕት።	ንጽሕት ቤተ ክርስቲያን ዝመሃረትና ከምዚ ዝብል ኣይኮነን።
፴ ወባሕቱ ለአምሳል ዘኮነ እምኔሁ ተዋሕዶ ንሕነ ነአምሮ ከመ ውእቱ ኮነ እም፪ቱ ህላዌያት እለ ኀብሩ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር ናእትት እንከሰ እምድኅረ ተዋሕዶ ፍልጠቶሙ ኀበ ፪ኤ እስመ ኢኮኑ እንከ ፪ተ አላ ኮኑ አሐደ ህላዌ ወአሐደ አካለ ዘእምኔሆሙ ኮነ ቃል እግዚአብሔር ሥግው እስመ ውእቱ ኮነ አሐደ እም፪ቱ አመ ኮነ ሰብአ ፍጹመ በከመ መህሩነ አበዊነ ንጹሐን ወክቡራን አትናቴዎስ ወአንስጣስዮስ ወሳዊሮስ ወቴዎዶስዮስ ዘነበሩ በኵሉ መዋዕል ዓምደ ጽኑዐ ለሃይማኖት ርትዕት።	30 እንተኾነ ግና ተዋሕዶ ዝተፈጸመሉ ግብሪ ሓደ ካብ ኮነ፥ በቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ካብ ክልተ ባህርያት ዝተረኽበ ከምዝኾነ ንሕና ንፈልጦ ኢና። እምበኣር ድኅሪ ተዋሕዶ ናብ ክልተነት ምፍላዮም ካባና ነርሕቐ። እቶም እግዚአብሔር ቃል ሰብ ዝኾነሉም ባህርያት፥ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮኑ እምበር። ከመይ ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ስለዘይኮኑ፥ ፍጹም ሰብ ምስ ኮነ ንሱ ካብ ክልተ ሓደ ኮይኑ እዩ። ከምቲ ብዞሉ ዘመን ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጽኑዓት ኣዕማድ ኮይኖም ዝነበሩ ንጹሓን ክቡራን ኣቦታትና ኣትናቴዎስን ኣንስጣስዮስን ሳዊሮስን ቴዎዶስዮስን ዝመሃሩና እዮ።
፴፩ ወንሕነኒ ንከሥት ነገረ አበዊነ ንጹሐን ርቱዐ ዘምሉእ ሕይወተ ወዮልያኖስሰ ፈረሳዊ እኩየ ንባብ ዘይቤ ምትሐት ውእቱ ትስብእተ ክርስቶስ አምላክነ ዘኮነ ቀዋሚ በምክንያተ ዋሊጦስ ወማኒ ርኁቅ ውእቱ እምትምህርተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወለእሉኒ እለ ይብሉ ምትሐት ወጽላሎት በእንተ ሥርዓተ ትሥጉተ አምላክነ ወእግዚእነ ንሕነ ንርኅቅ እምኔሆሙ።	31 ንሕና ውን ድኅነት ዝመልአ ቅኑዕ ትምህርቲ ንጹሓን ኣቦታትና ነረድእ። እቲ ብክሕደት ዋሊጦስን ማኒን ዝጸንዐ፡ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኳን ምትሐት እዩ ዝበለ ነገሩ እኩይ ዝኾነ ፈረሳዊ ዮልያኖስ ግና ካብ ትምህርቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ርሑቕ እዩ። ንሕና ውን ካብቶም ነቲ ጐይታና ፈጣሪና ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ምትሓት ሓሶት እዩ ዝብሉ ንርሓቕ።
፴፪ ወይቤ ማኒ በጊዜ ዘተዋሐደ ቃል በሥጋ ውስተ ከርሠ ድንግል ተፈጥረ ሥጋ እምዚአሁ ለቃል ወሶበ ንቤ ንሕነ ከመ ሥጋሁ ሐመ ወኢረከበ ሕማም ለህላዌሁ ውእቱሰ ይቤ ከመ ውእቱ ኢያስተዐገሠ ሥጋሁ ዲበ ሕማምአላ በፈቃዱ አብአ ሕማመ ዲበ ሥጋሁ ወኢተወክፎ እሙነ ወበብ ሂሎቱ ዘንተ ናሁ ረሰየ መድኃኒቶሙ ለእንለ እመሕያው ከንቶ አመ ረሰየ ሕማመ ወሞተ ከመ ውእቱ ምትሐት ወጽላሎት ከመ ኢኮነ እሙነ።	32 ማኒ ውን 'ቃል ኣብ ማኅፀን ድንግል ሥጋ ኣብ ዝተዋሓደሉ ጊዜ፥ ሥጋ ካብ ባህርየ ቃል ተረኽበ' በለ። ንሕና ብሥጋ ከምዝሓመመ ብመለኮቱ ግና ከም ዘይሓመመ ክንዛረብ ከሎና፥ ንሱ ማኒ ግና ከይሓመመ ፈትዩ ብሥጋኡ ሓመመኩ በለ እምበር ብሥጋኡ ኣይሓመመን ብሓቂ ሕማም ኣይተቐበለን በለ። ሕማምን ሞትን ‹ምትሓት፡ መሲልካ ብምርኣይ› ከምዝኾኑ፥ ብሓቂ ውን ከምዘይኮኑ ከምዚ ብምባሉ፥ ነቲ ድኅነት ሰባት እንሆ ከንቱ ገበሮ።

ዘኪራኮስ ም፥ ፶፩	ዘኪራኮስ ም፥ ፶፩
፴፫ ለነሰ አኮ ከመዝ ዘሐፀኑነ አላ በከመ ንሕነ ነአምን ከመ ወልደ እግዚአብሔር አብ ዘበአማን ተሠገወ እምህላዌሃ ለድንግል ማርያም ከመዝ ንትአመን ከመ ውእቱ ተሠገወ ወለሊሁ ዘፈጠረ ሥጋሁ ወአኮ ካልእ ወከማሁ ሕማመ ሥጋሁ ወሞቱ ለቃል ተሐሰበ ከመ ዘሎቱ ወአኮ ለካልእ።	33 ንኣና ግና፡ እቶም ብትምህርቲ ዘዕበዩና ከምዚ ዝብል ኣይኮነን። ከምቲ ንሕና ናይ እግዚኣብሔር **አብ** ናይ ባህርይ ወዱ ካብ ባህርየ ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ከምዝተዋሓደ ንኣምኖ፡ ንሱ ባዕሉ ሰብ ከምዝኾነ ከምዚ ኢልና ንኣምን እምበር። ሥጋኡ ዝፈጠረ ውን ንሱ ባዕሉ እዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ከምኡ ውን ቃል ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ ዝሓመሞ ሕማምን ዝሞቶ ሞትን ናይ ካልእ ዘይኮነስ ናቱ ገንዘብ ከምዝኾነ ተነግረ።
፴፬ ወበእንተ ዝንቱ ኢፈለሰ ሥጋሁ ኀበ ህላዌ መለኮት ወዓዲ ኢፈለሰ ቃል ኀበ ህላዌ ሥጋሁ በእንተ ተዋሕዶ አማናዊ ዘኮነ በአካል ዳእሙ ቃል ህልው ውእቱ ዘከመ ግብሩ እንዘ ኢይትዌለጥ በህላዌሁ ወከማሁ ሥጋኒ ህልው ውእቱ ዘከመ ግብሩ እንበለ ተፋልሶ ወኢውላጤ ወውእቱ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ዘበአማን በእንተ ተዋሕዶ ዘኮነ።	34 ስለዚ ድማ ሥጋኡ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን። ቦቲ ብኣካል ዝተገብረ ኣማናዊ ተዋሕዶ ውን ቃል ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። እኳ ደኣ ቃል ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ከምቲ ዝቐደመ ግብሩ ጸኒዑ ይነብር። ከምቲ ቃል ዘይተለወጠ፡ ሥጋ ውን ከም ዝቐደመ ግብሩ ከይተፋለሰን ከይተለወጠን ይነብር። ቦቲ ዝተፈጸመ ተዋሕዶ ድማ ብሓቂ ሥጋ እግዚኣብሔር ቃል እዩ።
፴፭ ወአኮመ ዓዲ ውእቱ ብእሲ ሕፁፅ ዘከማነ እስመ ቃል ዘተሠገወ ሠምረ ከመ ይርከቦ ለሥጋሁ ሕማም በፈቃዱ ወሥጋኒ በእንተ ዘኮነ እምህላዌነ ተወካፌ ሕማማት ውእቱ ዘከማነ ወዘበአማን ተዐገሠ ሕማማተ እንተ ተወክፋ በሥጋሁ በእንቲአነ ቃለ እግዚአብሔር ወኢቀርቦ ምንትኒ እምኔሃ ለመለኮቱ ወዝንቱ ኢኮነ ሠናየ።	35 ከማና ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ሰብ ዝኾነ ቃል ብፍቕዱ ንሥጋኡ መከራ ክረክቦ ስለ ዝፈተወ፡ ሥጋ ውን ካብ ባህርይና ስለ ዝተረክበ ከማና ሕማም ዝሰማምዖ እዩ። እግዚኣብሔር ቃል ነቲ ምእንታና ብሥጋኡ ዝተቐበሎ መከራ ብሓቂ ተዓገሠ። ባህርየ መለኮቱ ውን ካብ ሕማም ገለ እኳ ኣይረኸቦን። ብባህርየ መለኮቱ ሓመመ ምባል ከኣ ኣይግባእን እዩ።

ዘኪራኮስ ም፡ ፺፩	ዘኪራኮስ ም፡ 91
፴፮ ወእፎኑ ዘያበጥል ኮሎ ሕማመ ወሞተ ይገርር ለሞት ፈሪሆ እምኔሁ ወዳእሙ ተእኅዘ ሕማም በሥጋሁ ባሕቲቱ ዘይትዋሐድ በመለኮት ወውእቱ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል በከመ ንቤ ወሕማመ ሥጋሂ ይትኤለቍ ለቃል ወአኮ ለካልእ ዘእንበሌሁ ከመ ይጽደቅ ተዋሕዶ።	36 ሕማምን ሞተን ዘጥፍእ ንሱ ከመይ ኢሉ ሞት ፈሪሁ ንሞት ተገዝአ ይብሃል፤ በቲ ምስ መለኮት ዝተዋሓደ ሥጋ ጥራሕ ደኣ ሕማም ተፈጸመ እምበር። ከምቲ ዝበልናዮ እዚ ድማ እግዚአብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ እዩ። ናይ ሥጋ ሕማም ውን ንቃል ይንገረሉ እዩ። ብዘይካኡ ንካልእ ኣይንገርን እዩ። ተዋሕዶ ሓቂ ንክኸውን ንእኡ እዩ እምበር ንካልእ ዝንገር ኣይኮነን።
፴፯ ወካዕበ እስመ ሕማማት እንተ ተወክፉ ኢትፈልስ ኀበ ሙስና በከመ ስምዐ ኮና ቅዱሳት መጻሕፍተ እግዚአብሔር መንፈሳውያት ወመምህራን ንጹሓን ዘውእቶሙ ረኃብ ወጽምእ ወድካም ሐዊር ወፍርሃት ወትካዝ ወቅሥፈት ወስቀረታተ እደዊሁ ንጹሐት ወእግሪሁ ቅዱሳት ወተቀንዎቶሙ በዲበ ዕፀ መስቀል ማሕየዊ ወርግዘተ ገቦሁ ንጹሕ ወሀቤ ሕይወት ዘረገዞ ሐራዊ በኵናት ወሞት ዘተወክፎ ሠሉሰ መዋዕል። ዮሐ ፬፡፭፡፲፪።ሮሜ።፲፬፡፩-፬።ሮሜ። ማቴ ፬፡፩-፬።	37 ከምኡ ውን መንፈስ ቅዱስ ዘጽሓፎም ነገረ እግዚአብሔር ዝዛረቡ መጻሕፍትን ንጹሓን መምህራንን ከምዝመስከርዎ፥ እታ ዝተቐበላ መከራ ምትሓት ሓሶት ክትከ ውን የብላን። እዚኣቶም ከኣ ጥሜት፡ ጽምኢ፡ መገዲ ብምኻድ ምድካም፡ ምፍራህ፡ ምጎዛን፡ ምግራፍ፡ ንጹሓን ኣእዳውን ክቡራን ኣእጋሩን ምቑሳልን ኣብ ዘድጎን መስቀል ምሽንካሮምን፡ እቲ ወተሃደር ብኵናት ነቲ ሕይወት ዝዕድል ንጹሕ ጐድኑ ዝወግአን ክሳዕ ሠለስተ መዓልቲ ዝተቐበሎ ሞትን እዮም። ዮሓ 4፡6። 12፡26። 19፡1-37። ማቴ 4፡1-4።
፴፰ ወእምድኅረዝ ትንሣኤሁ እምውታን ዘኮነ ፍኖተ ቀዳማየ ለትንሣኤ ወአርአየ ርእሶ ከመ ውእቱ በኵረ ምውታን ወርእሰ ለእለ ሰከቡ ወአስተርአየ ለአርዳኢሁ እሙነ በልዐ ወሰትየ ከመ ያጠይቅ ግብረ ትንሣኤሁ በአልባበ እጓለ እመሕያው ወእምድኅረ ፍጻሜ አርብዓ መዋዕል ዐርገ ውስተ ሰማይ ወነበረ በየማነ አብ ዲበ መንበር ዘምሉእ ፍርሃተ ዘሀልው ቦቱ በኵሉ መዋዕል እንበለ ተፋልሶ እፎኑ ይከውን ተፋልሶ ለዘፍጹም ከመ አብ በኵሉ ግብሩ።	38 ብድኅር'ዚ ንትንሣኤ መገዲ ዝኾነና ትንሣኤኡ እዩ። ንዝሞቱን ብሕጂ ንዝሞቱን ቐዳሪ ከምዝኾነ ርእሱ ኣረድኣ። ንደቀ መዛሙርቱ ተራእየ። ንልቡና ሰባት ምሥጢር ትንሣኤኡ ንከረድእ ብሓቂ በልዐ፡ ሰተየ፡ ድኅሪ ፍጻሜ 40 መዓልቲ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብቲ ብኵሉ ዘመን ብዘይምልዋጥ ዝነበሮ ኣብ ዘይድፈር ዙፋኑ ማዕረ አብ ተቐመጠ። ነዚ ብኵሉ ሥራሑ ከም አብ ፍጹም ዝኾነ ንእኡ ከመይ ኢሉ ምልዋጥ ይሰማምዖ፤
፴፱ ንሕነሰ ንብል ከመ ውእቱ አዕረገ ሥጋዌ ውስተ መካን ዘሀልው ውስቴቱ መለኮታዊ ወንብል ከመ ውእቱ ወረደ በሥርዓት ወኢተፈልጠ እምሕፅነ አቡሁ ግሙራ ወለሊሁ ዓዲ ዘሀለዎ ይመጽእ በስብሐተ አቡሁ ወመላእክቲሁ	39 መለኮታዊ ቃል ናብቲ ቅድም ዝነበሮ ቦታ ሥጋኡ ከምዘዕረገ ንሕና ንዛረብ ኢና። ብተዋሕዶ ሰብ ከምዝኾነ፡ ፍጹም ካብ ሓድነት ኣቦኡ ከምዘይተፈልየ ንዛረብ። ከምኡ ውን እቲ መላእኽቱ ኣኽቲሉ ብጐይ ትነት ኣቦኡ ኽመጽእ ዘለዎ፡ ንኵሉ ከከም ግብሩ ዝኸፍሎ ንሱ እዩ። ጻድቃን

ዘኪራኮስ ም፣ ፶፩ ፣ ዘቴዎዶስዮስ ም፣ ፶፪	ዘኪራኮስ ም 91 ፣ ዘቴዎዶስዮስ ም 92
ንጹሐን ወይፈዲ ኮሎ በከመ ምግባሩ ዘገብረ ወጻድቃን ይረክቡ ተድላ ፍጹመ ዘአልቦ ማኅለቅት ወከሐድያንሂ ወዐማጽያን ይትከሠኑ በአምጣነ ድልውቱ ለኮሉ ለለፌዱ ፌዱ እምኔሆሙ ወዝኒ ወትረ ለዓለመ ዓለም አሜን።	ፍጻሜ ዘይብሉ ፍጹም ኽብሪ ክረኽቡ እዮም። ከሓድቲን ዓመጽትን ግና ፍዳኦም ከምቲ ነፍሲ ወከፍ ኮሉ ዝግብኦ መጠን ክቐበሉ እዮም። እዚ ድማ ብሓቂ ንዘለዓለም ኣሜን።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፪ ክፍል ፌ	**ምዕራፍ 92 ክፍሊ 1**
ፌ ይቤ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በውስተ ጦማረ መልእክቱ ኀበ ቅዱስ አባ ሚካኤል ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ ነአምን ይእዜ በንባብ ወበሕሊና በፌዱ አምላክ ዘበአማን ዘነአምሮ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፌዱ መለኮት አሐቲ ምልክና ወአሐቲ ኀይል ወአሐቲ ምስፍና ወፌዱ ግብር።	1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣባ ሚካኤል ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ÷ ብሓቂ ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ ብእንፈልጦ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ብቃልን ልቡናን ንኣምን። ሓደ ባህርይ ሓደ ጐይትነት ሓደ ኃይሊ ሓደ ኣገዛዝኣ ሓደ ሥራሕ እዮም።
፪ ወንትአመን ከመ እሙንቱ ፫ቱ አካላት ቅዱሳት ወ፫ቱ አስማት ዘይሰገድ ሎሙ በፌዱ ስንዕ በመለኮት ወኃይል ወምግባር ሶበ እንተ ንሌቡ አሐደ አሐደ እምኔሆሙ በባሕቲቱ ውእቱሰ አብ ወእግዚእ ወሀላዊ ወነአምሮ አሐዱ አምላክ።	2 እቶም ዝስገደሎም ሠለስተ ኣስማት፡ ዘይተሓዋወሱ ሠለስተ ኣካላት፡ ብሓደ ፍቓድ ብሓደ ጐይትነት ብሓደ ሥልጣን ብሓደ ሥራሕ ጸኒያም ከምዝነብሩ ንእመን ኢና። ካብኦም ንነፍሲ ወከፍ ብፍሉይ ኣካሉ እንተ ንፈልጦ፡ ንሱስ ኣረካቢ፡ ጐይታ፡ ዝነበረ፡ ዘሎን ዝነብርን እዩ። እንፈልጦ ሓደ ኣምላኽ እዩ።
፫ አኮ በንባብ ወበኃጢአ ሕሊና ለኀበ ካልእ ህላዌ ዘከመ ክሕዱ ሰብእ ወመሀሩ ወዳእሙ በምግባር በመለኮት ወበህላዌ ወኢንብል አሐደ አካለ እምነ አይሁዳዌ ወሰባልዮሳዌ ወዓዲ ንጕየይ በጥይቅና እምንዴተ አይሁድ ወእምትድምርት ዘይትአመና ሰባልዮስ እስመ ውእቱ ይትአመን በሕሊና ወበንባብ አሐደ አካለ ለኮሎሙ ወአኮ ፌዱ ፌዱ እምኔሆሙ በአካሉ ባሕቲቱ።	3 ከምቲ ሰባት ካልኣ ህላዌ ዝመሃሩ፡ ነገር ብምብዛኑን ኣእምሮም ብምስኣንን ኣይንምህርን ኢና። ብሥራሕ ብመለኮት ብባህርይ ሓደ ንብል እምበር። ከምቲ ኣይሁድን ሰባልዮስን ዝኣምንዎ እምነት ሓደ ኣካል ኣይንብልን። ብሓቀኛ ርድኢት ካብ ክሕደት ኣይሁድን፡ ሓደ ገጽ ኢሉ ሰባልዮስ ካብ ዝኣምና እምነትን ንርሓቕ። ከመይ ንሱ ሰባልዮስ ሠለስቲኦም ሓደ ኣካል ከምዝኾኑ፡ ካብኦም እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ብኣካል ፍሉይ ከምዘይኮነ ብኣፉን ብልቡን እዩ ዝኣምን።

ዘቴዎዶስዮስ ም፡ ፺፪	ዘቴዎዶስዮስ ም፡ 92
፬ ንሕነሰ ነአምን ቦሙ ከመ እሙንቱ ፫ቱ ህልዋን አኮ በመለኮት ወበህላዌ አላ በአካላት ቅዱሳት ወንትገኀሥ ርኁቀ እምብሂል ብዙኀ አማልክት ዘመጠዐውያን እለ ይትአመኖሙ ሕሱመ ስም ወዕልወት አርዮስ ወዓዲ ንትአመን ከመ አካላት ቅዱሳት ዘዘዚ አሆሙ እስመ ዘአብ ወላዲ ወዘወልድ ተወላዲ ወዘመንፈስ ቅዱስ ሠራዊ።	4 ንሕናስ ሠለስቲኦም ብሠለስትነቶም ከም ዘለዉ ንኣምን። እቲ ሠለስትነቶም ውን ብፍሉያት ኣካላት እዩ'ምበር ብባህርይን ብመለኮትን ኣይኮነን። ክሕደቱ ዝኸበደ ስሙ ዝኸፍአ ኣርዮስ ከም ዝኣምኖም፡ ከምኡ ውን ኣረማውያን ከምዘምልኽዎ 'ብዙኀ ኣማልኽቲ ኣለዉ' ካብ ምባል ፈጺምና ንርሓቕ። ከምኡ ድማ ጽኑዓት ኣካላት በብርእሶም ከምዘለዉ ንኣምን። ምኽንያቱ ናይ አብ ኣካል ወላዲ፡ ናይ ወልድ ኣካል ተወላዲ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ድማ ሠራዊ እዩ።
፭ ወዘዚአሆሙ ለአካላት ኢይከፈል ህላዌ አላ እሙንቱ ይትከፈሉ በአካላት ወቦቱ ይትዐወቁ እስመ ለአብ ቦቱ ወልድ ውእቱሰ ኢተወልደ ወኢሠረፀ ወወልድኒ ተወልደ ወመንፈስ ቅዱስኒ ሠረፀ ወዓዲ ከመ ኢንሰነዐው በምክረ አውናምዮስ ናስትት ወናርኅቅ ጥቀ እምሃይማኖትነ አሚነ ከመ ትስብእት ዘየሐምም ኮነ ተውሳከ ለአካለ መለኮት እስመ ውእቱ ኮነ ይሰምዮ ለትስብእት መለኮተ ወለመለኮት ትስብእተ።	5 ሠለስቲኦም ብኣካል ይፈላለዩ እምበር ናይ ኣካላት ፍልልይ ንባህርይ ኣይከፍሎን እዩ። ብእኡ ኽኣ ይፍለጡ። ከመይ ንአብ ወዲ ኣለዎ ንሱ ግና ኣይተወልደን ኣይሠረፀን። ወልድ ተወልደ መንፈስ ቅዱስ ውን ሠረፀ። ከምኡ ውን ኣብ ትምህርቲ ኣውናምዮስ ንከይንሓብር፡ ዝሓምም ሥጋ ንኣካል መለኮት ካልኣይ ተወሳኺ ከምዝኾነ ምእማን ካብ ሃይማኖትና ፈጺምና ነርሕቕ። ከመይ ንሱ ኣውናምዮስ ንመለኮት ትስብእት፡ ንትስብእት ድማ መለኮት እዩ ዝብል።
፮ ወለመለኮትሰ ዘበአማን ንብሎ ለአብ ዘኢተመልአከ ወሊቀ ይትበሀል ወይትሌበው ሊቀ ወውእቱ ሊቅ ከመ ጥንት ወከመ ብርሃን ወከመ ነቅዕ ወኢኮነ ተወላዴ ወለወልድኒ ዓዲ ዘተወልደ ወኢተመልአከ አላ ሊቅ ውእቱ ላዕለ ኵሉ ወከማሁ ለመንፈስ ቅዱስሂ ዘወፅአ እምአብ ወኢተመልአከ ነአምን ቦሙ እምነተ ጥዩቀ ከመ ሥሉስ ፍጹም ሥላሴ ፍጹማን ።	6 ናይ ባህርይ ኣምላኽነት ነቲ ካብ ካልእ ዘይተኾመ አብ ሂቡና ንዛረብ ኣሎና። መርከቢ ይበሃል፡ መርከቢ ከምዝኾነ ውን ይፍለጥ። ጥንቲ ብርሃን ምንጪ ብምኻኑ መርከቢ እዩ። ዝተወልደ ኣይኮነን። ከምኡ ውን ነቲ ዝተወልደ ካብ ካልእ ዘይተኾመ ወልድ ናይ ባህርይ ኣምላኽነት ሂብና ንዛረብ ኣሎና። ንነቲ ፈጢሩ ዝገዝእ እዩ። ነቲ ካብ አብ ዝተረኽበ ካብ ካልእ ዘይተኾመ መንፈስ ቅዱስ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽነት ሂብና ንዛረብ ኣሎና። ፍጹማን ዝኾኑ ሠለስቲኦም ብኣካል ፍጹም ሠለስተ ከምዝኾኑ ንኣምን።
፯ በዝንቱ ዐቅመ ሃይማኖት ባሕቲቱ ወቀኖና ቃለ ንባብ አምላካዊ ንትአኀዝ ዘከመ ሠርዑ ወአርትዑ እልክቱ እለ ተጋብኡ በሀገረ ኒቅያ አበው ጻድቃን ፫፻፲፰ወቕቱ እለ ኮኑ በመንፈስ ቅዱስ ያንሰሐስሑ ወቦቱ የሐይዉ ወበዝንቱ ጽድቅ ወትምህርተ ሃይማኖት ርትዕት	7 እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ዝተቓንዩ ኣብ ሃገረ ኒቅያ ዝተጋብኡ 318 ንጹሓን ኣቦታት ኣቐኒያም ከምዝወሰንዎ፡ በዚ ውሳኔ ሃይማኖት'ዚ ጥራይ፡ ቤቲ ኣምላኽ ዝናገሮ ቃልን ሥርዓትን ጸኒዕና ንንበር። ካብ ናብራ እዚ ዘመን'ዚ ብሞት ክሳዕ ዝፍለ፡ በዚ ሓቀኛን ቅኑዕን

ዘቴዎዶስዮስ ም፡ ፶፪	ዘቴዎዶስዮስ ም፡ 92
እስእል ከመ እኩን ቦቱ እዙዘ ወሎቱ ዐቃቤ እስከ ፍጻሜ እምሕይወተ ዝንቱ ዘመን።	ትምህርተ ሃይማኖት ብእኡ ጸኒዐ ኀኽነብርን ናቱ ሓላዊ ንክኽውንን እጽሊ ኣለ።ኩ።
፶ ወለዝንቱ ዓዲ አጠየቅዎ ጉባኤ ንጹሐን ፻ወ፱ እለ ተጋብኡ በቀ።ስጥንጥንያ ሀገረ ንጉሥ ይትቃወሙ ዐላውያነ ሕግ ወጽድቅ እለ ይትቃረንዎ ለመንፈስ ቅዱስ ወአኮ እሉ ባሕቲቶሙ ፻ወ፱ አላ ጉባኤ ቅዱሳን ፪፻፭ት እለ ተጋብኡ በኤፌሶን ይትቃረኑ ወይእትቱ ሃይማኖተ ንስጥሮስ ተቀናዪ ለብእሲ።	8 ነቶም ንመንፈስ ቅዱስ ዝኽሓድዎ ንሓቅን ሕግን ዝለወጥዎ ኀኽከራኽሩ፡ እቶም ኣብ ከተማ ንጉሥ ቀ።ስጥንጥንያ ዝተጋብኡ 150 ሊቃውንት ነዚ ሃይማኖት እዚ ኣረዲኦሞ ኣለዉ። ሃይማኖት ዘረድኡ እዞም 150 ጥራይ ኣይኮኑን። ከምኡ ውን እቶም ንሃይማኖት እቲ ‹ናይ ሰብ ግዙእ› ዝኾነ ንስጥሮስ ንከርሕቁ ኣብ ኣፌሶን ዝተጋብኡ 200 ቅዱሳን ሊቃውንት ውን ኣረዲኦም እዮም።
፶፩ ወእትቄከፍ ምስለ እሉ መጽሐፈ ጉባኤ እንተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዘዘይኑን ንጉሥ ዘፍጹም በፈሪሃ እግዚአብሔር ጎሠሠ ያብጥል ጉባኤ ኬልቄዶን ወዘሠርዐ ዐብድ ዐላዊ ልዮን ወአአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ውእቱ እምቅድመ ዓለም ዘተወልደ እምአብ ወልድ ዋሕድ እምአብ ዋሕድ ዘውእቱ ቀዳማዊ ምስለ አብ ወ፩ዱ ህላዌ ምስሌሁ ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ሕያው ዘኢይትቄለጥ ቃለ አብ ዘኢያስተርኢ ዘበእዴሁ ኵሉ ወቦቱ ጸንዐ ኵሉ በደ።ሪ አዝማን ወመዋዕል ተሠገወ ፍጹመ ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእምቅድስት ማርያም ድንግል በኵሉ ጊዜ ወተፀንሰ በአካለ እጓለ እመሕያው እምህላዌነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ዘእንበለ ተፋልሶ ወዘእንበለ ቱስሕት።	9 እቲ ዓሻ ከሓዲ ልዮን ዝጸሓፎን ጉባኤ ኬልቄዶን ዝወሰኖን ሃይማኖት ንከጥፍእ ዝፈተወ፡ ብኣምልኮተ እግዚኣብሔር ጸኒዑ ዝነብር ንጉሥ ዘይኑን ዝኣከባ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን ዝጸሓፈቶ ውን ምስኣቶም ኮይነ እቐበሎ እየ። ካብ **አብ** ዝተወልደ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ ኣቦ ካብ ዘይብሉ ኣቦ ዝተረኽበ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ፡ ምስ **አብ** ብቅድምና ዝነበረን ምስኡ ሓደ ባህርይ ዝኾነን፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ዘይልወጥ ሕያው ኣምላኽ፡ ዘይርአ፡ ኵሉ ብሥልጣኑ ዝተፈጥረ፡ ኵሉ ብእኡ ጸኒዑ ዝነብር ቃለ **አብ**፡ ብዳ።ረዋይ ዘመንን መዓልትን ብኵሉ ጊዜ ድንግል ካብ ዝኾነት ቅድስት ድንግል ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ፍጹም ሰብ ከምዝኾነ፡ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ናትና ባህርይ ብዘይምልዋጥ ብዘይምትሕውዋስ ወሲዱ፡ ሕፃናት ብዝርከቡሉ ኣካል ከምዝተፀንሰ እኣምን እየ።
፶፪ ወተወክፈ አምሳለ ዚአነ ወቦቱ ህለወ ዘእንበለ ውላጤ ዘከመ ይደሉ ቦቱ ወሶበ ነሥአ ዘዚአነ ወኮነ ሰብአ በእን ቲአነ ኢሐፀ እመለኮቱ ወለትስብእትሂ ዘነሥኦ እምኔነ ረሰዮ ለ።ቱ በሥርዓተ ጎብረት ወበተዋሕዶ ህላዌ ወአካል።	10 ናትና ባህርይ ገንዘብ ገበረ፡ ተዋሕዶ ዝግባእ ብምኻኑ ከይተለወጠ ብተዋሕዶ ጸኒዑ ኣለ።። ናትና ባህርይ ወሲዱ ምእንታና ሰብ ምስ ኮነ ውን ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ነቲ ብምሥጢረ ተዋሕዶ ካባና ዝወሰዶ ባህርይ ውን ብተዋሕዶ ኣካልን ባህርይን ናቱ ገበሮ።

ዘቴዎዶስዮስ ም፡ ፺፪	ዘቴዎዶስዮስ ም፡ 92
፲፩ ወውእቱ ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ዘእንበለ ዘመን ወዘእንበለ ዐቅም ወውእቱ ክመ ዘተወልደ ዳግማየ ልደተ በሥጋ እምድንግል ዘኢይትነገር ወበእንተዝንቱ ነበረት ድንግል ንጽሕት እንተ ወለደቶ ድንግል ዘበአማን ወነአምን ከመ ይእቲ ወላዲተ እግዚአ ብሔር ቃል ወነአምራ ከመዝ ጥዩቀ።	11 ዘመን ከይቀደሞ ከይተወሰነ ካብ እግዚአብሔር **አብ** ዝተወልደ ንሱ እዩ። ብዘይምርመር ምሥጢር ካብ ድንግል ካልኣይ ልደት ብሥጋ ዝተወልደ ንሱ ጥራይ እዩ። ስለዚ ከኣ እታ ዝወለደቶ ንጽሕት ድንግል ከምዝኾነት ንኣምን ኢና። ወላዲት ኣምላኽ ከምዝኾነት ከምዚ ኢልና ብግልጺ ብርዱእ ነገር ንፈልጣ ኢና።
፲፪ ወዘተወልደ እምኔሃ በሥጋ ለሊሁ አምላክ ፍጹም ወውእቱ ክመ ብእሲ ፍጹም ወነአምሮ ፭ደ አካለ እም፪ቱ አካላት ወ፭ዱ ህላዌ እም፪ቱ ህላዌያት ወውእቱሰ ፭ዱ ወልድ እምድኅረ ተዋሕዶ ፭ዱ ወልድ ወ፭ዱ እግዚእ ወ፭ዱ መሢሕ።	12 ብሥጋ ካብኣ ዝተወልደ ንሱ ፍጹም ኣምላኽ እዩ፡ ፍጹም ሰብ ውን እዩ። ካብ ክልተ ኣካላት ሓደ ኣካል ከምዝኾነ፡ ካብ ክልተ ባህርያት ውን ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ንሱ ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ ሓደ ክርስቶስ እዩ።
፲፫ ወውእቱ ዘበአማን ፭ዱ ህላዌ እምሥላሴ ስቡሕ ዘዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ እምቅድመ ትሥጉት ወእምድኅረ ተሠገወሂ እስመ ውእቱ ኢተወሰከ በሥላሴ ራብዓየ ጕልቄ ወውእቱ ዓዲ ኢሐማሚ እስመ እምህላዌ አብ ውእቱ ወዓዲ ነአምሮ ሐማሜ በሥጋ እስመ እምህላዌነ ውእቱ ወቃለ እግዚአብሔርሰ ኢየሐምም በህላዌ መለኮቱ ዳእሙ በሥጋ እምህላዌነ ቦቱ ሐመ ከማነ።	13 ቅድሚ ሰብ ምኻኑን ድኅሪ ሰብ ምኻኑን ምስ **አብ** ብባህርይ ሓደ ዝኾነ ምስጉን ንሱ፡ ብሓቂ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እዩ። ከመይ ንሱ ንሥላሴ ብቀጽሪ ራብዓይ ኣይኮነን። ካብ ባህርይ **አብ** ዝተረኽበ ስለዝኾነ ዘይሓምም እዩ። ከምኡ ድማ ባህሪና ወሲዱ ሰብ ስለዝኾነ ብሥጋ ዝሓምም ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። እግዚአብሔር ቃል ቦቲ ካብ ባህርይና ዝወሰዶ ሥጋ ደኣ ከማና ሓመመ እምበር ብባህርየ መለኮቱ ኣይሓምምን እዩ።
፲፬ ወበእንተ ዝንቱ ጎርጎርዮስኒ ነባቤ መለኮት ኮነ ስምዓ ወዐቀመ ወይቤ ውእቱሰ ኢሐማሜ በመለኮቱ ወሐመ በዘነሥአ እምኔነ ወውእቱ ፭ዱ ውእቱ ክመ ይገብር መንክራተ ወውእቱ ክመ ይትዌከፍ ሕማማተ ወበሥርዓት ረሰየ ሎቱ ሕማመነ ዘኢይትሐመይ ወተወክፎ በፈቃዱ በሥጋ ሐማሚ ወመዋቲ ዘውእቱ እምህላዌ ዚአነ ዘያስተነፍስ በነፍስ ነባቢት ወለባዊት።	14 ስለዚ ከኣ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ ኣረዲኡ መስከረ፡ ‘ንሱስ ካባና ብዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ እምበር ብመለኮቱ ዘይሓምም እዩ። እቲ ሓደ ንሱ ጥራይ ተኣምራት ይገብር፡ ንሱ ጥራይ መከራ ይቕበል’ በለ። ኃጢኣት ዘይብሉ ንሱ ናትና ሕማም ብተዋሕዶ ገንዘብ ገበረ፡ ቦቲ ዝሓምምን ዝመውትን ሥጋ ብፍቓዱ ተቐበሎ። እዚ ድማ ብእትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ሕያው ዝኾነ ካባና ባህርይ ዝተረኽበ ሥጋ እዩ።
፲፭ ወእብል ከመ ውእቱ ኢሐመ በምትሐት ኣላ ዘበአማን ተወክፈ ሕማማተ በፈቃዱ ዘአልቦቱ ነውር በሥጋሁ ዘደለዎ ይሕምም ወከማሁ መዊተኒ	15 ክሓምም ብዝግብኦ ሥጋኡ ነውሪ ዘይብሉ ሕማም ብፍቓዱ ብሓቂ ሕማም ተቐበለ እምበር፡ ብምትሓት ከም ዘይሓመመ እነግር ኣሎኹ። ከምቲ ሕማሙ ድማ ንሞት ኣብ መስቀል ተቐበለ።

ዘቴዎዶስዮስ ም ፺፪፡ዘዲዮናስዮስ ም ፺፫	ዘቴዎዶስዮስ ም 92፡ዘዲዮናስዮስ ም 93
በዲበ ዕፀ መስቀል ወበመንክር ትንሣኤሁ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ከሠተ ኃይለ መለኮቱ ወረሰየ ሥጋሁ ኢመዋቴ ወበኵሉ ግብር ኢይማስን በእንተ ዘኮነ ለሙቱ አመ ተዋሕዶቱ በከርሥ ቅዱስ ዘልዑል እምኃጢአት።	ንኣምላኽነቱ፡ ብዝግባእ ብዘደንቕ ትንሣኤ ውን ሥልጣን ጐይትነቱ ገለጸ። ነቲ ሥጋኡ ውን ዘይመውት ገበሮ። ካብ ኃጢኣት ኣብ ዝረሓቐ ንጹሕ ማኅፀን ኣብ ዝተዋሓደሉ ጊዜ ገንዘብ መለኮት ብምኻኑ ብኵሉ ሥራሕ ኣይተለወጠን።
፲፮ ወለእመ አእመርነ እሙነ ዕበየ እሉ እለ ተዋሐዱ ዘውእቶሙ ህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት ኢንፈልጠሙ በበይናቲሆሙ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ለዘኮኑ ፩ደ ህላዌ ወኢይከውን ፪ተ ህላዌያተ ግብረ ዝኩ ፩ዱ ዘኢይትከፈል ወዘኢይትሌለይ ከመ ኢይሰለብ ዕበየ መለኮት ወትስብእት።	16 ናይዞም ዝተዋሓዱ መለኮትን ትስብእትን ባህርያት ካብ ፈለጥና፥ ነዞም ‹ሓደ ባህርይ› ዝኾኑ ‹ክልተ ባህርይ› ብምባል ኣይንፈል ዮምን ኢና። ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ንከይፈርስ፥ ግብሪ ናይዚ ዘይፍለን ዘይክፈልን ሓደ፡ ‹ክልተ› ባህርይ ኣይከውንን እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፺፫ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 93 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ አብ ቅዱስ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በውስተ ጦማረ መልእክቱ ኀበ ቅዱስ አባ ሚካኤል ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን በ፩ዱ አብ አኃዜ ኵሉ ወበአሐዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እመለኮተ አብ እምቅድመ ዓለም ወበደኃሪ መዋዕል ተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ወቀዳማዊ ምስለ አብ ወወልድ።	1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣቡነ ዲዮናስዮስ ናብቲ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣባ ሚካኤል ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ ንኵሉ ብዝፈጠረ ብሓደ **አብ** ንኣምን። ዓለም ከይተፈጥረ ካብ **አብ** ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ብዝተወልደ፡ ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ውን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ተዋሒዱ ሰብ ብዝኾነ ብሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ምስ **አብን** ወልድን ቀዳማዊ ማሕየዊ ብዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን ኢና።
፪ ወአኮ ዘነአምሮ ዘእንበለ ፩ዱ ወልድ እምቅድመ ይሠጎ ወእምድኅረ ተሠገወሂ በከመ ይቤ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ማሪ ሳዊሮስ በድርሳኑ ኢያምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ ወኢ እምካልእ ገጽ ወኢኮነ ምትሐተ ወኢወለጠ ለሥጋ ገዚፍ ወኢ ለሥጋ ረሰዮ ምትሐተ ወዳእሙ ተሠገወ እሙነ እንበለ ውላጤ አምላክ ዘተሰብአ።	2 ቅድሚ ሰብ ምኻኑን ድኅሪ ሰብ ምኻኑን ብዘይ ሓደ ወልድ ንፈልጦ ኣይኮንናን። ንእግዚኣብሔር ዘገልግል ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ኣብ ድርሳኑ፥ 'ሥጋ ካብ ሰማይ ኺዙ ኣይመጸን ካብ ካልእ ባህርይ ውን ኣየምጽኣን' ከምዝበለ። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ደኣ ከይተለወጠ ብሓቂ ሰብ ኮነ እምበር ምትሓት ኣይኮነን፡ ነቲ ግዙፍ ሥጋ ኣይለወጠን፡ ነቲ ሥጋ ውን ምትሓት ኣይገበሮን።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፯፫	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 93
፫ ቃል ዘአልቦቱ ሥጋ ወዘኢያስተርኢ ለብሰ ትስብእተ እማርያም ቅድስት ድንግል ዘየኀብር ምስለ ህላዌነ በትስብእት ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ በ፩ዱ አካል እምህላዌሃ ንጹሕ ዘይትሌዐል እምኵሉ ልቡና ወእምኵሉ ንባብ ዘከመ ሥርዓተ ምሥጢር ዘአብሠራ ቦቱ ገብርኤል ዓቢይ ዘኢይክል እንለ እመሕያው ያእምሮ ዘአማኅፀኖ ለቦቱ እግዚአብሔር አመ ይቤላ ተፈሥሒ አ ምልዕተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ በመለኮቱ ወበትስብእቱ ወበእንተዝ ኮነ አምሳለ ዚአነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ውተወክፈ ኵሎ ግብረ በአእምሮ።	3 ሥጋ ዘይብሉ ዘይርአ ቃል፡ ነፍሲ እትዛረብን እትፈልጥን ናይ ነፍሲ ፍልጠት ዘለዎ፡ ሰብ ብምኻን ምሳና ሓደ ዝኸውን ሥጋ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ወሰደ። 'አ ጸጋ ዝተመላእኪ ድንግል እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ተሓጕሲ' ኢሉ ምስ ነገራ፡ እቲ እግዚአብሔር ትበቅዕ ኢኻ ዝበሎ ዓቢይ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል ዘብሠራ ሰብ ኽፈልጦ ዘይከኣሎ ኣብ መለኮትን ትስብእትን ዝተፈጸመ ሥርዓተ ተዋሕዶ ብምኻኑ፡ ካብቲ ልዕሊ ኵሉ ምርምርን ዘረባን ዝኾነ ንጹሕ ባህሪኣ ወሲዱ ሓደ ኣካል ብምኻን ምስኡ ሓደ ገበሮ። ምእንትዚ ድማ ብዘይካ ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሑ ነኣና መሰለ፡ ኻኵሉ ሥራሑ ውን ፈሊጡ ገበሮ።
፬ ወኮነ አሐደ ምስሌነ ወአስተርአየ አሐደ በሥርዓት እስከ አግዐዘ ትዝምደ እንለ እመሕያው እምነ መርገም ዘትካት ወበእንተዝ ንብል ከመ ድንግል ማርያም ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል እስመ ይእቲ ፀንሰት ወወለደት ለነ አምላክ ሥግው ዘአእምርናሁ ከመ ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ መለኮት ወትስብእት ወውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ አማኑኤል ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ አርአያ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ከመዝ ንብል ወኢንብል በትድምርት ወኢበቱስሕት ወኢበፍልጠት በኵሉ ገጽ እምገጻት እምድኅረ ተዋሕዶ።	4 ምሳና ውን ሓደ ኾነ። ካብቲ ዝቐደመ ፍዳ መርገም ንባህርየ ሰብ ክሳዕ ናፃ ዘውጽእ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ተገልጸ። በዚ ድማ ድንግል ማርያም 'ወላዲት አምላኽ እያ' ንብል ኣሎና። ከመይ ንሳ ነቲ ካብ መለኮትን ትስብእትን ካብ ክልቲኦም ሓደ ከምዝኾነ ዝፈለጥናዮ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ፀኒሳ ስለዝወለደት እዩ። ንሱ ኣማኑኤል ሓደ በይኑ እዩ። ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ ሓደ ክርስቶስ ሓደ መልክዕ ሓደ ኣካል ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ባህርይ እዩ ከምዚ ኢና ንብል። ድጎሪ ተዋሕዶ ካብ ሥራሕ፡ ኣብ ዝኾነ ሥራሕ ብምልዋጥ ብምትሕውሳስ ብምፍልላይ ኣሎ ኣይንብልን ኢና።
፭ ወዓዲ ኢንሠምር ወኢንትዌከፍ እምእለ ይብሉ ከመ ምሥጢረ ትሥጉት ኮነ እምነ ሩካቤ አላ ንረግሞ ለዘይመክር ዘንተ ምክረ ለነሰ ረከብነ ቁመተ ሥጋነ እምነ ዘቦቱ ርጥበት ወልምልምና ወለዋሕደ እግዚአብሔርሰ ዘአልቦቱ ሥጋ እስመ እምግባሩ ነአምሮ እፎኑ ይሔልዩ ከመ	5 ከምኡ ውን ነቶም ምሥጢረ ተዋሕዶ ብዘርኢ ብሩካቤ ከምዝተገብረ ንዝዛረብዎ ፍጹም ኣይንቕበልን ኢና። እኳ ደኣ ነዚ ትምህርት'ዚ ንዝምህር ኣውጊዝና ንፈልዮ እምበር። ነቲ ናትና ቀዋሚ ኣካልና ካብ ልምላሜን ርጥበትን (ጠሊ) ዘለዎ ባህርይ ረኸብናዮ። እቲ ሥጋ ዘይብሉ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ግና ቡቲ ግብሩ (ብዘርኢ ከምዘይተወልደ) ስለእንፈልጠ፡ ከመይ ኢሎም እዮም ነቲ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፫	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 93
እምትድምርት አው እምቱስሕት ይደሉ ይኩን ተዋሕዶ ሎቱ ለዘአልቦቱ ሥጋ።	ሥጋ ዘይብሉ ናቱ ተዋሕዶ ካብ ምትሕውዋስ ወይ ምድብላቕ ክሽውን ከምዝግብኦ ይዛረቡ፡
፮ ንሕነሰ ንረግም ኵሎ ዘይዜክር ዘንተ ዕበደ ምስለ እለ ይብሉ ክልኤቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘይትሌዐል እምኵሉ ነገር ወለእለኒ ይብሉ ከመ ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ፪ቱ በ፪ቱ ግብር ወበ፪ቱ ሥምረት ንሕነሰ ንትአመን ቦቱ ከመ ውእቱ አምሳለ አብ በመለኮት ወአምሳለ ዚአነ በትስብእት ወለተዋሕዶሂ ዘተዋሐደ ቦቱ ኢንብሎ ትድምርተ ወኢቱስሕተ።	6 ንሕናስ ድኅሪ'ቲ ልዕሊ ኵሉ ምዝራብ ዝኾነ ተዋሕዶ፡ ነቲ ምስቶም ክልተ ባህርያት ዝብሉ ነዚ ክሕደት ዝዛረብ ኵሉ ነውግዞ ኢና። ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ከምዝኾነ፡ ብግብሪ ክልተ ብፍቓድ ውን ክልተ ከምዝኾነ ንዝዛረቡ ነውግዞም ኢና። ንሕና ግና ንሱ ብመለኮት ንእብ ከምዝመስል፡ ሰብ ብምኻኑ ድማ ንኣና ከምዝመስል ንኣምን ኢና። ሓደ ዝኾነሉ ተዋሕዶ ውን ምትሕ ውዋስ ወይ ምድብላቕ ኣይንብሎን ኢና።
፯ ወንርኅቅ እምነ ዘይብል ከመ ዘቦቱ ፍልጠት እምድኅረ ተዋሕዶ ወእምነ ዘይብል ዘንተ ነገረ በእከየ ምግባሮሙ ለዐላውያን ከመ ውእቱ ምትሐት ወአምሳል ወእምእለ ይብሉ ከመ ሥጋሁ ለክርስቶስ ዘእንበለ ነፍስ ወኢልቡና ወእመሰ ትስብእቱ ለእግዚአብሔር ቃል ምትሐት ወኢኮነ እሙነ እንከሰ መድኃኒትነ ምትሐት ወኢኮነ እሙነ ወለእመኒ ፈቀደ ይትመሰል ኪያነ ወኢተዋሐደ ምስሌነ ተሠግዎቱሂ ይከውን ተውኔተ ወአርአያ ትስብእቱሂ ቅውም በአድልዎ።	7 ድኅሪ ተዋሕዶ ምፍላይ ከምዘለዎ ካብ ዝዛረብ፡ ከምኡ ውን ብናይ መናፍቓን ተንኮል ኣዘራርባ ነዚ ነገር'ዚ ማለት ምትሓትን መሲልካ ምርኣይን ከምዝኾነ ካብ ዝዛረብ ንርሕቕ ኢና። ኢየሱስ ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ነፍሲ ኮነ ልቡና የብሉን ካብ ዝብሉ ውን ንፍለ ኢና። እቲ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻን ምትሓት እንተኾይኑ ሓቂ ውን እንተ ዘይኮይኑ እምበኣር ድኅነትና ምትሓት እምበር ሓቂ ኣይኮነን። ንኣና ንክመስል ፈትዩ ባህርይና ካብ ዘይተወሓደ፡ እቲ ሰብ ምኻኑ ወረ ይኸውን፡ ሰብ ኮይኑ ምግላጹ ውን ሓሶት ይኸውን።
፰ እመሰ እምዘርአ አብርሃም ወእምሥርወ እሴይ ወእምሐቁ ዳዊት ተሠገወ ዘእምኔሆሙ ይእቲ ማርያም ድንግል ንጽሕት እፎመ ኢይትዐወቅ እስመ ውእቱ ሠርዐ ዘንተ ከመ ይፃእ እምህላዌነ ወይፍታሕ ማእሠረ ዕልወቱ ለአዳም በመስቀል ዘበእንቲአሁ ተዐገሠ በሥጋ እስከ ተወክፈ ሕማመ ወሞተ ዘኢየሐምም ሐመ በእንተ ዘኮነ አሐደ ምስለ ሥጋ በ፭ዱ አካል ወበመለኮቱሰ ኢሐመ።	8 ካብቶም ንጽሕት ድንግል ማርያም ዝተወለደትሎም ካብ ኣብራኽ ዳዊት ካብ ሥር እሴይ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ካብ ተዋሓደ ግና ካብ ናትና ባህርይ ሰብ ኮይኑ ሕማምን ሞትን ክሳዕ ምቕባል በጺሑ፡ ስለኡ ብዝተቐበሎ ኣብ መስቀል፡ ነቲ ፍዳ ኃጢኣት ኣዳም ንከጥፍእ ተዋሕዶ ከምዝገበረ ስለምንታይ ኣይፍለጥን፡ ሓደ ኣካል ብምኻን ምስ ሥጋ ሓደ ስለዝኾነ እቲ ዘይሓምም ሓመመ፡ ብመለኮቱ ግና ኣይሓመመን።
፱ እመሰ ቃለ እግዚአብሔር ፭ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ኮነ ፭ደ ወልደ ወ፭ደ እግዚአ ወ፭ደ መሢሐ ዘተሠገወ	9 ካብ ሠለስተ ኣካላት እቲ ሓደ እግዚኣብሔር ቃል፡ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ምእንታና ሰብ ዝኾነ ሓደ ወልድ ሓደ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፯ኛ	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 93
ወተሰብአ በእንቲአነ ወተሰቅለ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን ወዐርገ ውስተ ሰማያት ወውእቱ ዓዲ ይመጽእ ከመ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ በመድኃኒት ጽኑዕ ዘተናገሩ ቦቱ በእንቲአሁ አበው።ግብ ሐዋ ፩፡፱-፲፪።	ጐይታ ሓደ ክርስቶስ ካብ ኮነ፡ ካብ ተሰቐለ ካብ ሞተ ካብ ተቐብረ ካብ ምውታን ተፈልዩ ካብ ተንሥአ ናብ ሰማይ ካብዓረገ፡ ከምቲ ኣቦታት ብዛዕባኡ ዝበልዎ ንጻድቃንን ታዋኣንን ንክፈርድ ዳግማይ ብክበበ ትስብእት ክመጽእ እዩ። ግብ ሓዋ 1፡9-12።
፲ ወዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ዘኮነ ይገብር መንክራተ በመለኮቱ ወይትዌከፍ ሕማማተ በትስብእቱ ውእቱ ዘኮነ ይብል በመለኮቱ ከመ ውእቱ አምላክ ወውእቱ ዘኮነ ይነብብ ድካመ ዘይደሉ ለሥርዓተ ትስብእቱ በእንተ ዝንቱኒ ኢንከፍሎ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኀበ ፪ቱ ንባብ ወኀበ ፪ቱ ምግባር ዘከመ እለ ፈለጥዎ ለዝንቱ ፩ዱ መሢሕ ኀበ ፪ቱ ሶበሰ ኢተሠገወ እምኢነበበ በከመ ንባበ ዚአነ ለሰብእ ወእምኢሐመ በእንቲአነ። ዮሐ ፬፡፮-፳፭። ፱፡፩-፵፩። ፲፡፴። ፲፯፡፴።	10 እቲ ኣምላኽ ብምኻኑ ተኣምራት ዝገብር፡ ሰብ ብምኻኑ ድማ መከራ ዝቕበል እዚ ሓደ እዩ። ኣምላኽ ብምኻኑ ናይ ኣምላኽነቱ ነገር ዝዛረብ ዝነበረ፡ ሰብ ብምኻኑ ድማ ናይ ሰብ ምኻኑ ነገር ዝዛረብ ዝነበረ ንሱ እዩ። ኣምላኽ ነቲ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ስለዝተዛረበ፡ ንሓደ ክርስቶስ ናብ ክልተነት ከምዝኽፈልዎ ከምኣም ክልተ ባህርይ ክልተ ኣዘራርባ ክልተ ሥራሕ እዩ ኢልና ኣይንኽፍሎን ኢና። ሰብ እንተዘይከውን ከማና ከም ኣዘራርባ ሰባት ኣይምተዛረበን ነይሩ፡ ምእንታና ውን ኣይምሓመመን ነይሩ። ዮሓ 4፡6-25። 9፡1-41። 10፡30።
፲፩ እመሰ ተትሐተ ወለብሰ ህላዌ ገብር ወርኢናሁ ይነብብ ነገረ ድካም ወይገብር ግብረ ንዴት በእንተ ዘነድየ በእንቲአነ ንሕነሰ ነአምሮ ልዕልናሁ ወከመዝ ንትአምን ወንቀውም በዐቅም ዘወሰንዎ ለነ አበው ቅዱሳን ወነሐውር ዲበ ዛቲ ፍኖት ወኢናምጽእ ውላጤ ወኢሚጠተ ዘከመ አብያጺሁ ለአውጣኪዮስ ዘይብል ምትሐት ። መዝ ፻፴፪(፻፴፩)፡፮። ቈላ ፪፡፮-፱።	11 ተዋሪዱ ናይ ግዙእ ባህርይ እንተ ተዋሓደ፡ ዘረባ ናይ ትሕትና ውን ክዛረብ እንተሰማዕናዮ፡ ንሓና ንምድኃን ምእንታና ነቲ ክብሪ ዘይነበሮ ሥጋ ብምውሓዱ ሥራሕ ሰብነት ክሠርሕ ውን እንተ ረኣናዮ÷ ንሕናስ ንጐይትነቱ ንፈልጥ ከምኡ ውን ንኣምን ኢና። በቲ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝወሰኑልና ሥርዓት ንጸንዕ። በዛ ሃይማኖት እዚኣ ውን ጸኒዕና ንነብር። ከምቶም ተኸተልቲ ናይቲ 'ምትሓት እዩ' ዝብል ኣውጣኪ፡ ባህሪኡ ገደፈ፡ ተለወጠ ኣይንብልን። መዝ 132(131)፡6። ቈላ 2፡6-9።
፲፪ ወኢንመክር ምክረ ንስጥሮስ ተቀናዪ ለሰብእ ህየንተ እግዚአብሔር ወእለኒ ይመክሩ ምክረ ከመ አይሁድ ወይከፍልዎ ለዘኢይትከፈል ወኢ እለ ይብሉ ከመ ውእቱ ይትዐወቅ በክልኤ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወይትሌዐል እምኮሉ ልቡና።	12 ትምህርቲ ናይቲ ኣብ ክንዲ ንእግዚኣብሔር ንሰብ ዝግዛእ ንስጥሮስ ኣይንምህርን። ከም ትምህርቲ ኣይሁድ ዝበለ ዝምህሩ፡ ነቲ ብኣካል ብባህርይ ዘይክፈል ዝኸፍሉ፡ ድኅሪ'ቲ ዘይምርመርን ልዕሊ ኮሉ ምርምር ልብን ዝኾነ ተዋሕዶ ውን ክልተ ባህርያት ከምዘለዎ ዝዛረቡ፡ ናቶም ትምህርቲ ኣይንምህርን ኢና።

ዘዲዮናስዮስ ም ፶፫፡ዘአባ ገብርኤል ም ፶፬

፲፫ ወእሙንቱሰ ይፈቅዱ ይፍልጥዎ ለዘኮነ ለጎበ ክልኤ ኢይክል ይኩን አሐደ አካለ እንበለ ፍልጠት ወዘኒ ይትከፈል ወኢንብል ከመ ሰባልዮስ ወኢንፈልጥ መለኮተ ከመ ዘብዙኅ አማልክት ዘከመ አርዮስ ወኢናደክም ዘከመ ዕበደ ዋሊጦስ ረሲዕ ወኢዘከመ ንባበ ጳውሎስ ሳምሳጢ ርኵስ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፶፬ ክፍል ፩

፩ ይቤ ቅዱስ አባ ገብርኤል ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ በጦማረ መልእክቱ ጎበ ቅዱስ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ነአምን ወንትአመን ጽዱቀ እምኑተ በልብ ወበንባብ ወበሕሊና በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ።

፪ ሥሉስ ስቡሕ ወቅዱስ ፫ቱ አካላት ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ሥልጣን ወ፩ዱ ምግባር ወአሐቲ ሥምረት ወ፩ዱ ህላዌ ዘመለኮት።

፫ በከመ መህረነ ቅዱስ ሐዋርያ ጳውሎስ ውስተ መልእክቱ ለሰብአ ቆሮንቶስ እንዘ ይብል አልቦ አምላክ ዘእንበለ ፩ዱ አምላክ እስመ እሙንቱ ይዜከሩ ብዙኃ አማልክተ ከመ ዘውስተ ሰማይ ወከመ ዘውስተ ምድር ወለነሰ አልብነ ዘእንበለ ፩ዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ ዘእምኔሁ ኵሉ ወንሕነኒ ለሙቱ ወ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ወንሕነ ቦቱ ወ፩ዱ መንፈስ ቅዱስ ዘቦቱ ኵሉ። ፩ቆሮ ፰፡፮። ፲፪፡፲፩።

፬ ወዓዲ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ዘአሠ ርገወ መንበረ እስክንድርያ ወአብርሀ ኵሎ ዘመትሕተ ሰማይ በጣዕመ

ዘዲዮናስዮስ ም ፶፫፡ዘአባ ገብርኤል ም 94

13 ንሳቶም ኑቲ ብዘይምፍላይ ሓደ ዝኾነ ክፈልይዎ ይፈትዉ። ናብ ክልተነት ዝኽፈልሲ ሓደ ኣካል ክበሃል ኣይክኣልን እዩ። ከም ሰባልዮስ ውን ‘ሠለስተ ኣካላት ብምትሕውዋስ ሓደ ኣካል ኮኑ’ ኣይንብልን። ከም ኣርዮስ ውን ‘ሠለስተ ኣማልኽቲ’ ከምዝኾነ ጌርና ንመለኮት ኣይንፈልን። ከም ክሕደት እቲ ሃይማኖት ዝዘንግዐ ዋሊጦስ ኮነ ከም ትምህርቲ ጽሉእ ጳውሎስ ሳምሳጢ ውን ‘ብመለኮት ድኻም ኣለዎ’ ኣይንብልን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 94 ክፍሊ 1

1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣባ ገብርኤል ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ **ብኣብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ** ብልቢ ብቃልን ብሕሊናን ዝተረድኣ እምነት ፈጺምና ንኣምን።

2 ሥላሴ፥ ክቡር ምስጉን እዩ። ብኣካላት ሠለስተ እዮም። መለኮት ሓደ እዩ፡ ሥልጣን ሓደ እዩ፡ ሥራሕ ሓደ እዩ፡ ፍቓድ ሓደ እዩ፡ባህርየ መለኮት ሓደ እዩ።

3 ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንቶስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ 'ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ ካልእ ኣምላኽ የልቦን። ንሳቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ብዙኃት ኣማልኽቲ ከምዘለዉ ይዛረቡ። ንኣና ግና ብዘይካ እቲ ኵሉ ካብኡ ዝተረኽበ፡ ንሕና ውን ንእኡ ንምግልጋል ዝተፈጠርናሉ ሓደ ኣምላኽ እግዚኣብሔር አብ፣ ከምኡ ውን ኵሉ ብናቱ ቃልነት ዝተፈጥረ፡ ንሕና ውን ብናቱ ኣምላኽነት ዝተፈጠርና ሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ከምኡ ድማ ኵሉ ካብ ዝተፈጥረሉ ሓደ መንፈስ ቅዱስ፣ ካልእ ኣምላኽ የብልናን' ክብል ከምዝመሃረና እዩ። 1ይ ቆሮ 8፡6 ። 12፡11።

4 በቲ ፍቱው ትምህርቱ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ምሥጢር ዘብርህ፡ መንበር እስክንድርያ ዘኽበረን ንሓዋርያት ዝመሰለን ቅዱስ ኣትናቴዎስ ብዛዕባ ናይ ክቡር

ዘአባ ገብርኤል ም፣ ፶፬	ዘአባ ገብርኤል ም፣ 94
ነገረ ትምህርቱ ይቤ በድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሥጋዌ ቅዱስ ፭ዱ ስብሐት ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ በከመ ይቤ ለሊሁ አንሰ ኢይሁብ ክብርየ ወስብሐትየ ለካልእ። ኢሳ ፵፪፣፰።	ሥጋዌ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፣ “ንሱ 'ጐይትነተይን ክብረይን ንኻልእ ኣይህብን' ከምዝበለ፣ ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ክብሪ ጐይትነት ሓደ እዩ” በለ። ኢሳ 42፣8።
፭ ወበዝ አእመርነ ከመ ፭ዱ ስብሐት ዘሥሉስ ቅዱስ ወወልድኒ ኢኮነ ካልእ አምላክ ወባሕቱ ቃለ እግዚአብሔር ዋሕድ ባሕቲቱ ወለሊሁ ይትአመር በአብ በከመ ይትአመር አብ በወልድ በከመ ይቤ ኢሳይያስ ነቢይ እንዘ ይትአመን ከመ አብ በወልድ ወይብል ለከ ይሰግዱ ወለከ ይጼውዑ ወለከ ይጼልዩ እስመ እግዚአብሔር ብከ አምላከ እስራኤል መድኀን ይትኃፈሩ ወይኅሡሩ እለ ይትቃረኑከ። ኢሳ ፵፭፣፲፬-፲፯።	5 ናይ ሥሉስ ቅዱስ ክብሪ ምስጋና ሓደ ከምዝኾነ በዚ ፈለጥና። ወልድ ካልኣይ ዘይብሉ ሓደ እግዚኣብሔር ቃል እዩ እምበር ካልእ ኣምላኽ ኣይኮነን። ከምቲ አብ ብወልድ ዝፍለጥ ንሱ ውን ብአብ ይፍለጥ። ከምቲ ኢሳይያስ ውን አብ ኣብ ወልድ ህልው ከምዝኾነ ፈሊጡ፣ 'ኦ እተድኀንን ኣምላከ እስራኤል! እግዚኣብሔር ኣብ ህልውናኻ እዩ'ሞ ንኣኻ ይሰግዱ፣ ንኣኻ ይጽውዑ፣ ናብኻ ውን ይጽልዩ፣ እቶም ዝቃወሙኻ ይኀፈሩን ይዋረዱን' ዝበሎ እዩ። ኢሳ 45፣14-17።
፮ መኑ እሙንቱ እለ ይትቃረንዎ ዘእንበለ እልክቱ እለ ኢየአምኑ ቦቱ ወኢበመንፈስ ቅዱስ ወይብሉ ከመ ውእቱ ኢኮነ እምህላዌ አብ በመለኮት።	6 ብእኡን ብመንፈስ ቅዱስን ዘይኣምኑ፣ ብመለኮት ካብ አብ ባህርይ ዘእምባህርይ ኣካል ዘእምኣካል ከምዘይተወልደ ጌሮም ውን ዝዛረቡ ብዘይካ እዚኣም ዝቃወምዎ መን እዮም፧
፯ ወዓዲ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ይቤ በውስተ መጽሐፍ ዘይሰመይ አንክሮጦስ ዘበትርጓሜሁ መልሕቅ በእንተ ቃለ ሱራፌል እለ ይብሉ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኢይብሉ ቅዱሳን ቅዱሳን ቅዱሳን አላ ከሠቱ ለነ ሠለስተ አካላተ በተዋሕዶተ ፭ዱ መለኮት በብሂሎቶሙ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ሠለስተ ጊዜያተ ወበእንተ ተዋሕዶተ መለኮት ይቤሉ እግዚአብሔር ፀባያት መልአ ሰማያተ ወምድረ ቅድሳተ ስብሐቲከ። ኢሳ ፮፣፩-፬። ራእ ዮሐ ፬፣፰-፲።	7 ከምኡ ውን ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ 'ኣንክሮጦስ' ትርጉሙ መልሕቕ ዝበሃል መጽሓፍ ከምዚ በለ፥ ብዛዕባ ቃል እቶም 'ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ' ዝብሉ ሱራፌል፣ 'ቅዱሳን ቅዱሳን ቅዱሳን' ኣይበሉን። እኳ ደኣ ሠለስተ ጊዜ 'ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ' ብምባሎም ነቶም ብሓደ መለኮት ሓደ ኮይኖም ዝነብሩ ሠለስተ ኣካላት ገለጹልና። ቅዱሳን ኣይበሉን። እኳ ደኣ ብዛዕባ ሓድነት መለኮት 'ኣሸናፊ እግዚኣብሔር ናይ ጐይትነትካ ምስጋና ሰማይን ምድርን መልኣ' በሉ እምበር። ኢሳ 6፣1-4። ራእ ዮሓ 4፣8-10።
፰ ወካዕበ ይቤ ኦ ሥሉስ ዘፍሉጥ በአካላት ወይትወሐድ በመለኮት እስመ አብ በወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወወልድ በአብ ወመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስ በአብ ወወልድ። ዮሐ ፲፬፣፲።	8 ደጊሙ ውን ብኣካላት ዝተፈለኻ ሠለስተ ብመለኮት ግና ሓደ ዝኾንካ ጐይታ! ንኣኻ ኣንክሮ ይግባእ። ከመይ አብ ኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ህልው እዩ። ወልድ ውን ኣብ አብን መንፈስ ቅዱስን ህልው እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ኣብ አብን ወልድን ህልው እዩ በለ። ዮሓ 14፣10።

ዘአባ ገብርኤል ም፡ ፶፬	ዘአባ ገብርኤል ም፡ 94
፱ ወናሁ ነበብነ አ አብ ጎዳጠ እምብዙኅ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ስብሐተ ዘከመ ተምህርነ እምአበዊነ ወከማሁ ነአምን ዘከመ ይቤ እግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ለአርዳኢሁ ሑሩ ወመህሩ ኵሎ አሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖትነ ወኢንፈቅድ ካልአ እምኔሃ እስከ ለዓለም። ማቴ ፳፰፡፲፱-፳።	9 አ አቦይ! ከምቲ ካብ አቦታትና ምስጋና ዝተመሃርና ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ ካብ ብዙኅ ብውጉድ እንሆ ተዛሪብና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ‘ኪዱ እሞ ንኵሎም አሕዛብ ብስም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** አጥምቕዎም ከምዝበለ፡’ ከምኡ ውን ንአምን። እታ እንአምና ሃይማኖት እዚኣ እያ፡ ብዘይካኣ ንዘለዓለም ካልእ አይንደልን። ማቴ 28፡19-20።
፲ ወዓዲ አአምን ከመ ቃል ቀዳማዊ ወልድ ዋሕድ ዘተወልደ እመለኮተ እግዚአብሔር አብ ዘእንበለ ጥንት ወኢመዋዕል ፈጣሬ ዓለም ዘቦቱ ኮነ ሀልዎተ ኵሉ ዓለም በብዙኅ ሣህሉ ሶበ መሀረ ትውልደ አዳም አጽንነ ሰማያተ ወወረደ ኀቤነ እንዘ ኢይትፋለስ ወእንዘ ኢይትፈለጥ እመለኮተ አብ።	10 ከምኡ ውን ብቅድምና ዝነበረ ቃል ጥንቲ ከይሃለዎ ዘመን ከይቀደሞ ካብ **አብ** አካል ዘእምአካል ባህርይ ዘእምባህርይ ዝተወልደ ወልድ ዋሕድ፡ ዓለም ዝፈጠረ፡ ናይ ኵሉ ምንባር ብእኡ ዝኾነ፡ ቦቲ ብዙኅ ይቕረታኡ ንደቀ አዳም ይቕረ ምስ በሎም ካብ ምልኣቱ ከይተወሰነ ካብ ባህርይ **አብ** ከይተፈልየ ንልዑል ባህሪኡ ለጠቕ ኣቢሉ ባህሪና ከምዝተዋሓደ እአምን እየ።
፲፩ ወነደረ ውስተ ከርሣ ለንጽሕት ማርያም ቅድስት ድንግል ወትረ ወእምደመ ድንግልናሃ በመንፈስ ቅዱስ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ እጓለ እመሕያው ዘከመ አርአየነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ማእምርት እምዘርአ አብርሃም ወከመዝ ኮነ ቃል ሥጋ ወኀደረ ላዕሌነ በተዋሕዶተ ህላዌ አካል ወተወክፈ አርአያ ዚአነ ዘእንበለ ውላጤ ወኢትድምርት ወነበረ ርቱዐ ዘእንበለ ውላጤ ወኢቱስሕት በመለኮቱ።	11 ኣብታ ኮሉ ጊዜ ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ቅድስት ማርያም አብ ማኅፀና ከምዝኀደረ፣ ካብቲ ካብ አብርሃም ዝተረኽበ ብድንግልና ዝጸንዐ ባህሪኣ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ናትና ዝመስል ሥጋ አዳም ብግብረ መንፈስ ቅዱስ ንክወሓዶ ከምዝፈጠረ እአምን እየ። ብከምዚ ቃል ሥጋ ኮነ። ብባህርይ ብኣካል ተዋሒዱ ካብ ሥጋና ሥጋ ካብ ነፍስና ነፍስ ወሲዱ ምእንታና ሰብ ኮነ። ብዘይምልዋጥን ብዘይምጥፍፋእን ውን ንኣና ምምሳል ገንዘብ ጌሩ፡ ብዘይ ምልዋጥን ብዘይምትሕውሰን ብባህሪኡ ጸኒዑ ነበረ።
፲፪ ወዓዲ አመ ነሥአ ዘዚአነ ወኮነ ሰብአ በእንቲአነ ኢሐፀ ህላዌ መለኮቱ ወለዘሂ ነሥአ እምህላዌነ ረሰዮ ሎቱ በሥርዓት ዘጎበረት ወተዋሕዶ ህላዌ ወአካል ወዘአልቦቱ ጥንት ወኢመዋዕል ወኢሥጋ ዘውእቱ እምእግዚአብሔር ለሊሁ ዓዲ በህላዌ ተሠገወ ወተወልደ ዳግመ ልደተ እምድንግል በዘኢይረክቦ ልቡና።	12 ናትና ባህርይ ወሲዱ ምእንታና ሰብ ምስ ኮነ ባህርየ መለኮቱ ኣይተለወጠን። ነቲ ካብ ባህሪና ዝወሰዶ ሥጋ ውን ብምሥጢረ ተዋሕዶ ብባህርይን ብኣካልን ተዋሒዱ ናቱ ገበሮ። ጥንቲ ዘይብሉ ዘመን ዘይቅድሞ፡ ሥጋ ውን ዘይነበሮ ካብ እግዚአብሔር **አብ** ዝተወልደ ንሱ ብዝተፈልየ ኣካሉ ሰብ ኮይኑ፡ ልቡና ብዘይምርምሮ ምሥጢር ዳግማይ ልደት ካብ ድንግል ተወልደ።

ዘአባ ገብርኤል ም፣ ፲፬	ዘአባ ገብርኤል ም፣ 94
፲፫ ወበእንተዝ ነበረት ዓዲ ወላዲቱ ድንግል ዘበአማን ወንሕነ ነአምራ ወነአምን ከመ ይእቲ ወለደት አምላከ ዘበአማን ወዘኒ ተወልደ እምኔሃ ሥግው አምላክ ፍጹም በህላዌሁ ወሰብእ ፍጹም ወኪያሁ ነአምር ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል እም፪ቱ ህላዌያት ወእምድኅረ ትሥጉትኒ ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ውእቱ እንዘ ኢይትዌሰክ ውስተ ሥላሴ ራብዐይ ጎልቀኑ።	13 ስለዚ ኣደኡ ብድንግልና ጸኒዓ ነበረት። ንሕና ውን ወላዲት ኣምላኽ ከምዝኾነት ፈሊጥና ንኣምን። ካብኣ ሰብ ኮይኑ ዝተወልደ ውን ብባህርይ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ። ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ንእኡ ንፈልጦ ኢና። ኣብ ሠለስትነት ራብዓይ ቀጽሪ ከይተወሰኸ፡ ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ እዩ።
፲፬ ወውእቱ ኢሐማሚ እስመ ይትዔረዮ ለአብ በመለኮት ወንሌብዎ ሕሙመ በሥጋ ሶበ ኮነ እምህላዌነ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ኢሐመ በህላዌ መለኮቱ ወባሕቱ ሐመ ከማነ በአርአያ ሥጋ ዘውእቱ ፩ዱ እምህላዌነ።	14 ብመለኮት ምስ **ኣብ** ሓደ ስለዝኾነ ንሱ ዘይሓምም እዩ። ባህሪና ምስ ተዋሓደ ውን ብሥጋ ከምዝሓመመ ንፈልጦ ኢና። ከመይ እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ መለኮት ኣይሓመመን። ቦቲ ንኣና ዝመስል ምስ ባህሪና ሓደ ዝኾነ ሥጋ ግና ከማና ሓመመ።
፲፭ ወናሁ ዐቀመ ዘንተ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት እንዘ ይብል ውእቱ ሐማሚ በትስብእት ወውእቱ ይገብር መንክራተ በህላዌሁ ወከማሁ ዓዲ ይትዌከፍ ሕማማተ በህላዌሁ ወበፈቃዱ ረሰየ ሕማመነ ሕማመ ዚኣሁ ዘኣልቦቱ ነውር ዘበሥርዓት በሥጋ ሐማሚ ወመዋቲ ዘውእቱ እምህላዌነ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ወንባብ።	15 ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ፥ 'ሰብ ብምኻኑ ይሓምም፡ ብባህሪኡ ተኣምራት ይገብር፡ ብባህሪኡ መከራ ይቕበል፡ ብፍቓዱ ድማ ቦቲ ሕይወት ፍልጠት ቃል ዘለዎ፡ ሕማምን ሞትን ዝሰማምዖ ሥጋ ዝተሠርዐ ሥርዓት ብምኻኑ ነዚ ሕማምና ነውሪ ዘይብሉ ናቱ ሕማም ገበሮ' ክብል እንሆ ነዚ ኣረድኡ።
፲፮ ወእብል ከመ ውእቱ ሐመ እሙነ ወአኮ በምትሐት በሥጋሁ ዘድልው ከመ ይሕምም ወበፈቃዱ ተዐገሠ ሕማማተ እንተ አልባቲ ነውር ወኢሐሜት ወሞተ በዲበ መስቀል ዓዲ በመንክር ትንሣኤሁ አምላካዊ ረሰየ ሥጋሁ ድኑነ ወከሠቶ ዳግመ ዘእንበለ ሕማም ወኢመዋቲ ወምስለ ድኂኖቱ እምኵሉ ሕማም ረሰዮ ዘእንበለ ሙስና ወበጊዜኒ ዘኮነ ለሙቱ ዝንቱ ድልወ በከርሥ ንጹሕ ወግውዝ ውእቱ እምኃጢአት።	16 ቦቲ ንክሓመሉ ዝተገብአ ሥጋኡ፥ ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ ከም ዝሓመመ ንዛረብ ኣሎና። ነውሪ ነቕፋ ዘይብሉ ሕማምናውን ብፍቓዱ ተቐበለ፡ ኣብ መስቀል ውን ሞተ። ቦቲ ኣምላኽነቱ ዝገለጸሉ ዘደንቕ ትንሣኤኡ ውን ንሥጋኡ ኣተንሥኦ። ካብ ሕጂ ንደኃር ዘይሓምም ዘይመውት ገበሮ። ምስቲ ምትንሣኡ ውን ዘይልወጥ ገበሮ። ኣብ ማኅፀን መለኮት ንምውሓድ ኣብ ዝበቕ ዕሉ ጊዜ ውን እዚ ሥጋ'ዚ ካብ ኃጢኣት ፍሉይን ንጹሕን እዩ።

ዘአባ ገብርኤል ም፣ ፶፬	ዘአባ ገብርኤል ም፣94
፲፯ ወንሕነ ነአምር ክፍለቶ ለዘመጽአ ኀበ ትሥጉት ዘውእቱ ህላዌ መለኮት ወህላዌ ትስብእት እንዘ ኢንከፍሎሙ በበይናቲሆሙ ኀበ ፪ቱ ወኢኀበ ፪ቱ ንሰጥቆ ወንከፍሎ ለ፩ዱ ዘኢይትከፈል ወኢይቶሳሕ ወናርኅቅ እምኔሁ ክፍላተ መለኮት እምትስብእት ዝንቱ ውእቱ ዘቦቱ እትኄነን እንዘ ጽኑዕ አነ በዛቲ ሃይማኖት ወኮሉ ዘዐለወ ዘንተ ንባበ ፍሉጥ ውእቱ ወርሑቅ እምኔነ ወእምአበዊነ እለ ነበቡ በቃለ ጽድቅ።	17 ክልተ ንምግባር ንመለኮት ካብ ትስብእት ከይፈለና፣ ክልተ ንምባል ውን ኑቲ ዘይክፈልን ዘይተሓዋወሰን ኑቲ ሓደ ከይከፈልና፣ ባህርየ መለኮትን ባህርየ ትስብእትን ሓደ ብምግባር ናይቲ ሰብ ንምኻን ዝመጸ ናቱ ዘይምትሕውዮስ ንፈልጥ ኢና። መለኮት ካብ ትስብእት ዝተፈልየ እዩ ምባል ውን ካብኡ ነርሕቕ። በዛ ሃይማኖት እዚኣ ጸኒዐ መከራ ዝቐበለሉ እዚ እዩ። ነዚ ሃይማኖት'ዚ ዝኸሓደ ኮሉ ካባናን ካብቶም ሓቀኛ ሃይማኖት ዝመሃሩ ኣቦታትናን ፈጺሙ ዝተፈልየ እዩ።
፲፰ ወባሕቱ ይስምዑ እሉ ጸላእያነ ጽድቅ አይ አሕጻ ትነድፎሙ እምንባበ አበዊነ ቅዱሳን ይቤ ባስልዮስ መምህር ርቱዐ ሃይማኖት ከመ ክርስቶስ እግዚእነ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ምግባር ወአሐቲ ሥምረት።	18 እንተኾነ ግና እቶም ኑቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝኸሕዱ፣ እታ ናይ ቅዱሳን ኣቦታትና ኣዘራርባ ከመይ ኢላ ኮናት ከም እትወግኣም ይፍለጡ። ርቱዐ ሃይማኖት መምህር ባስልዮስ ውን፣ 'ጐይታና ክርስቶስ ከምቲ ሓደ ኣካል ሓደ ምግባር ሓደ ፍቓድ ዝኾነ ከምኡ ውን ሓደ ባህርይ ጥራይ እዩ' በለ።
፲፱ ወከማሁ አትናቴዮስሂ ይቤ አኮ ዘነአምሮ ለወልድ ዋሕድ በ፪ቱ ህላዌያት ፩ዱ ዘይሰገድ ወካልኡ ዘኢይሰገድ ወዳእሙ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል እምቅድመ ይሠጎ ወእምድኅረ ተሠገወሂ ። ዕብ ፲፫፣፰።	19 ከምኡ ውን ኣትናትዮስ (ኣትናቴዎስ) ከምዚ በለ፣ ኑቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ሓደ ዝስገደሉ እቲ ሓደ ኾነ ዘይስገደሉ ኮይኑ ብክልተ ባህርይ እንፈልጦ ኣይኮንናን። ቅድሚ ሰብ ምኻኑን ድኅሪ ሰብ ምኻኑን ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባህርይ ሓደ እዩ እምበር። ዕብ 13፡8።
፳ ወከማሁ ቴዎዶጦስሂ ኤጲስቆጶስ ዘዕንቆራ ይቤ እትአመን በ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ አምላክ ዘኮነ ሰብአ ወውእቱ ኢኮነ በምትሐት ወኢበቃል ወኢበሕሊና ዘንከፍሎ ከመ ኢንከፍሎ ለዋሕድ ወኢንክሕድ ሥርዓተ መድኀን እስመ በተዋሕዶተ እግዚአብሔር ምስለ እጓለ እመሕያው አእመርነ ሥርዓተ ወእመቦ ዘፈለጠ ተዋሕዶተ ናሁ ክሕደ ሥርዓተ።	20 ከምኡ ድማ ናይ ዕንቆራ ኤጲስቆጶስ ቴዎዶጦስ፣ 'እቲ ሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ ንኣምን። ኑቲ ሓደ ምእንቲ ከይንኸፍሎን ንሥርዓተ መድኃኒትነቱ ከይንኽሕድን፣ንሱ ‹ምትሓት እዩ› ብምባል ብቓል ኮነ ብሕሊና ኣይንኸፍሎን። ከመይ በቲ እግዚኣብሔር ምስ ሥጋ ምውሕሓዱ፣ ሰብ ምኻኑ ፈሊጥና ኢና እሞ፣ ንተዋሕዶ ዝፈለየ እንተሎ እንሆ ሰብ ምኻኑ ክሓደ' በለ።
፳፩ ወዓዲ ጸሐፈ ቂርሎስ ኀበ ንስጥሮስ እንዘ ይብል ወስክ ይእዜ ኀበ አሐዱ ኮሎ ቃላተ ዘውስተ ወንጌል በ፩ዱ አካል ለቃል ሥግው።	21 ከምኡ ውን ቅዱስ ቂርሎስ ናብ ንስጥሮስ ከምዚ ክብል ጸሓፈ፣ ‹ንኮሉ'ቲ ኣብ ወንጌል ዝተነግረ ቃል ሓደ ወገን ጌርካ፣ ኑቲ ሓደ ኣካል ብምኻን ሰብ ንዝኾነ ቃል ሂብካ ተዛረብ።›

ዘአባ ገብርኤል ም ፺፬፡ ዘቆዝሞስ ም፡ ፺፭	ዘአባ ገብርኤል ም 94፡ ዘቆዝሞስ ም 95
፳፪ ወለእመኒ ተአዘዝነ ንእመን በህላዌ ሥግው ከማሁ ዓዲ አቀሙ ለነ ፩ደ አካለ ሥግው ዝንቱ ንባብነ ወቃለ እሉ አበው ናነብብ ወተስፋሆሙ ንሴፎ ወዛቲ ሃይማኖት እምነትነ ወትምህርትነ ወተስፋ ባቲ ነሐዩ ወባቲ ንመውት ወባቲ ንትንሣእ በፈቃዱ ወበሥምረቱ ለእግዚአብሔር።	22 በቲ ሥጋ ዝተዋሓደ ባህርይ ንክንአምን እኳ እንተ ተኣዘዝና፡ ከምኡ ኸአ ሥጋ ዝተዋሓደ ሓደ አካል ምኳኑ አረድኡና። ንሕና እንምህሮ ትምህርቲ እዚ እዩ። ንትምህርቲ ናይዞም አቦታትና ንምህር፡ ነቲ ተስፋኦም ውን ተስፋ ንገብር። እንኣምናን ዝተመሃርናያን ተስፋ እንገብራን ሃይማኖት እዚኣ እያ። እንነብረላን እንሞተላን ኢና፡ ብፍቕድ እግዚአብሔር ከኣ ብእኣ ንትንሣእ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፺፭ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 95 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ አባ ቆዝሞስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገረ እስክንድርያ ውስተ ጠማረ መልእክቱ ጎበ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ንሕነሰ ነአምን በ፩ዱ ንባብ ዘኢያንቀለቅል ወዘኢይ ትዌለጥ እንዘ ጽኑዓን ንሕነ በረድኤቱ ወኃይሉ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ አባ ቆዝሞስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት አባ ዮሓንስ አብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ንሕናስ ብከሃልነትን ረድኤትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጸኒዕና፥ በቲ ዘይልወጥን ዘይናወጽን ሓደ ቃል ንኣምን።
፪ ነአምን በጥበብ ወንጽሕና በ፩ዱ አምላክ አብ አጎዜ ኮሉ ገባሬ ኮሉ ፍጥረት ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ወበወልዱ ዋሕድ ቀዳማዊ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወሀቤ ሕይወት ወመንፈስ ቅዱስ ዘወፅአ እምህላዌ አብ ዘይሰገድ ወይሴባሕ ምስለ አብ ወወልድ።	2 ብፍልጠት ጸኒዕና፡ ካብ ክሕደት ኮነ ኑፋቄ ተፈሊና፡- በቲ ንኮሉ ዝገዝእ ዝረአን ዘይረአን ኮሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ሓደ ኣምላኽ ዝኾነ ብአብን፡ በቲ ብቕድምና ዝነበረ ሕይወት ዝዕድል ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ብወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ በቲ ካብ **አብ** ዝሠረፀ ምስ አብን ወልድን ዝስገደሉን ዝምስገንን ብመንፈስ ቅዱስን ንኣምን።
፫ እስመ ምሥጢረ ክርስቲያን ዓቢይ ለእመ ንሕነ ለበውናሁ በአዕይንተ ልቡና ወጎቡዓተ አልባቢነ እስመ ንሕነ ንትአመን በሥሉስ ቅዱስ ዘ፩ዱ ህላዌሁ ወ፩ዱ ክብሩ ዘበአማን ዘውእቱ ፩ዱ አምላክ ሊሉየ አካላት እንበለ ትድምርት ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት እንበለ ፍልጠት ወእንበለ ትድምርት።	3 ንሕና እንተ ደኣ ብዓይነ ልቡናና ርኢናዮን ብረቂቕ ኣእምሮና ኣስተውዒ ልናዮን ናይ ክርስቲያን ሃይማኖት ዓቢይ እዩ። በቲ ብኽብሪ ብባህርይ ሓደ ዝኾነ ብሠለስተ ኣካላት ንሕና ብሓቂ ንኣምን ኢና። እዚ ድማ ብዘይ ምትሕውዋስ ብኣካል ፍሉይ ዝኾነ ሓደ አምላኽ እዩ። ብዘይምኽፋልን ብዘይምትሕውዋስን ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት እዩ።
፬ ወንከሥት ከመ ውእቱ ፩ዱ በኃይል ወበስብሐት በፈቃድ ወበቅድምና ወበመንግሥት ወበሥልጣን ወውእቱ ፩ዱ እግዚእ ወአሐቲ ሥልጣን ወውእቱ ፩ዱ እግዚእ ወአሐቲ ሥምረቱ	4 ብኃይሊ ብጐይትነት ብፍቕድ ብቅድምና ብመንግሥቲ ብሥልጣን ሓደ ከምዝኾነ ነረድእ። ንሱ ሓደ ጐይታ እዩ፡ ፍቕዱ ውን ሓንቲ እያ። ስለዚ ኸአ መድኃኒና

ዘቆዝሞስ ም፣ ፶፩	ዘቆዝሞስ ም፣ 95
ወበእንተዝ ይቤ መድኃኒነ ክርስቶስ በወንጌል ቅዱስ እስመ አነ ወአቡየ ፩ዱ ንሕነ ወዘርእየ ኪያየ ርእዮ ለአብ ዘፈነወኒ ። ዮሐ ፲፡፴። ፲፬፡፰-፲።	ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ወንጌል 'ኣነን ኣቡን ሓደ ኢና ንኣይ ዝረኣየ ነቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ረኣየ' በለ። ዮሓ 10፡30, 14፡8-10።
፭ ኃይልሰ ወእምነት ፩ዱ እሙንቱ እስመ ንባብ ዘኃይል ውእቱ እንዘ ለሊሁ ይከሥት ንባብ ዘኃይል ውእቱ እንዘ ለሊሁ ይከሥት ህላዌሁ ወምስፍናሁ ወከሠተ ለነ በርትዐ ክሂሎቱ ፩ደ መለኮተ ወከመ ይኩን እግዚኣብሔር አብ ሥጋ ሐሰ ወለዝንቱ ተናግሮቱ ኢይደሉ በንባብ ወዳእሙ ንከሥት በዝየ በራእየ ልቡና ፩ደ መለኮተ።	5 ኃይልን እምነትን ሓደ እዮም። ንሱ ንባህሪኡን ጐይትነቱን ከረድኣ ከሎ፥ ናይ ጐይትነት ኣዘራርባ ስለዝኾነ በቲ ሓቀኛ ከሃሊነቱ ነቲ ሓደ ባህርይ ኣረድኣ። እግዚኣብሔር አብ ሥጋ ክኸውን ኣይክእ ልን እዩ። ነዚ ውን ብቃል ክዛረብዎ ኣይግባእን። እኳ ደኣ ብልቡና መርሚርና ንሓደ መለኮት በዚ ነረድእ እምበር።
፮ ወካዕበ በእንተዝ ይቤ እግዚእነ ክርስቶስ አነ እስእሎ ለአቡየ ይፈኑ ለክሙ ካልአ ጸራቅሊጦስሃ ወይብል እስመ ውእቱ ካልእ ዘከማየ ይትኀፈሩ እንከሰ እለ ደወዩ በደዌ ሰባልዮስ ወመቅዶንዮስ እለ ያሕፅፁ ስብሐተ መንፈስ ቅዱስ ወይብሉ ከመ ኢኮነ ህልወ። ዮሐ ፲፬፡፲፮።	6 ከምኡ ውን ምእንት'ዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ' ኣነ ነቲ ብኣካል ፍሉይ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ንክሰደልኩም ኣቦይ ክልምኖ እየ' በለ። ከመይ ብኣካል ፍሉይ ስለዝኾነ እዩ። ከምኡ ውን 'ከማይ ዝበለ ኣሎ' በለ። እምበኣር እዞም ህልዋና መንፈስ ቅዱስ ዝኽሕዱን ክብሩ ዘጕድሉን፣ ብክሕደት ሰባልዮስን ብደዌ መቅዶንዮስን ዝተታኀዙ ይኀፈሩ። ዮሓ 14፡16።
፯ ወይደሉ ከመ ናንክር እምከሢተ እግዚእ ዘንተ ንባበ በዘይብሉ እሉ ዐላውያን እለ ይትዔረዩ በደዌሆሙ ወበዕበዶሙ እስመ በብሂሎቱ ካልአ ከሠተ ፍልጠተ አካላት ወበብሂሎቱ ጸራቅሊጦስሃ ዘከማየ አመረነ ኅብረተ ህላዌሁ ወዝነገር ክቡር ይፈዕም አፉሆሙ ለሰብአ ሰባልዮስ ርኩሳን ወያጠፍእ ምክረ አርዮሳውያን እለ ይትቃረንዎ ለሥሉስ ቅዱስ ዘ፩ዱ መለኮት።	7 እዞም ሓደ ዝኾኑ መናፍቓን በቲ ኣእምሮ ምስኣናምን ክሕደቶምን ንዝዛረብዎ ዘረባ፣ ጐይታ ነዚ ብምግላጹ ከኣድንቕ ይግባእ። ምኽንያቱ 'ካልእ' ብምባሉ ናይ ኣካላት ምፍላይ፣ 'ከማይ ዝበለ ጸራቅሊጦስ' ብምባሉ ድማ ናይ ባህርይ ሓድነት ስለዘረድኣ እዩ። እዚ ክቡር ዘረባ'ዚ ኾኣ ኣፍ እቶም ጽሉኣትን ኑቑፋትን ሰዓብቲ ሰባልዮስ ይዓጹ። ንትምህርቲ እቶም ብመለኮት ሓደ ንዝኾነ ሠለስተ ኣካላት ዝቃወሙ ኣርዮሳውያን ውን የጥፍእ።
፰ ንሕነሰ ሕዝብ ርቱዐነ ሃይማኖት እመ ኮነ ለባውያን ንትአመን በስብሐቶሙ ወንሴብሖሙ በልብ ንጹሕ ዘእንበለ አድልዎ ወእለሰ ይትገኀሡ እምዝንቱ ወይሴብሑ ካልአ ነኪረ ውጉዛን እሙንቱ። ኢሳ ፮፡፩-፬። ራእ ዮሐ ፬፡፰-፲።	8 ንሕና እዞም ሃይማኖትና ዝቕንዐ ሕዝቢ ግና ፈላጣት እንተኾንና ብምስጋናኦም ንኣምን። ከየበላለጽና፣ ካብ ክሕደትን ኑፋቄን ንጹሕ ብዝኾነ ልቡና ነመስግኖም ኢና። ካብዚ ወጺኦም ንካልእ ኣምላኽ ዘመስግኑ ግና ካብ ምእመናን ዝተፈልዩ እዮም። ኢሳ 6፡1-4። ራእ ዮሓ 4፡8-10።

ዘቆዝሞስ ም፥ ፶፩	ዘቆዝሞስ ም፥ 95
፱ ወይደልወነ ንዝክር ትስብእቶ ለቀዳማዊ ለ፩ዱ ዘእምሥላሴ ኢፍጡር ወኢፍሉጥ እግዚአብሔር ቃል ወለእመኒ ጊጉይ አነ ዳእሙ ዘንተሰ ዘእሬእዮ አነ አአምን ሃይማኖተ እንበለ ዕቅፍት በዘይትዔረዮ ለአብ በቅድምና ዘውእቱ ቃለ እግዚአብሔር አብ ወልድ ዘይትዔ ረዮ በመለኮት ዘኢይትገመር ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም።	9 ብቅድምና ዝነበረ፥ ፍጡርን ፍሉይን ዘይኮነ፥ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ኽንዛረብ ይግብኣና። ኣነ ዋላ እኳ ኃጥእ እንተኾንኩ ግና ብጥርጥር ዘይብሉ እምነት ነዚ ኣነ ዝፈልጦ ብቅድምና ንኣብ ዝመዓ ራረዮ እኣምን እየ። እዚ ኸኣ ብጐይትነት ዝመስሎን ዝተኻኸሎን፡ዘይውሰን፡ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ አብ ዝተወልደ፥ ናይ እግዚኣብሔር አብ ቃል፥ ወልድ እዩ።
፲ ወለሊሁ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ ተወልደ እምድንግል ማርያም ሥግው ዘእንበለ ተፋልሶ ወኢሚጠት በከመ መሀረነ ጳውሎስ ሐዋርያ ንጹሕ ወቅዱስ ወይቤ እስመ ሶበ ተፈጸመ መዋዕል ፈነወ እግዚ አብሔር ወልዶ ውተወልደ እምብእሲት ወአስተርአየ ምስሌነ። ገላ ፬፡፬።	10 ንሱ ንኣና ንምድኃን ብዳጎራዋይ ዘመን ብዘይምንዋጽ ካብ ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮይኑ ተወልደ። ከምቲ ንጹሕን ቅዱስን ሓዋርያ ጳውሎስ ዝመሃረና፥ 'ጊዜኡ ምስ በጽሐ ኸኣ እግዚኣብሔር ንወዱ ለኣቦ፥ ካብ ድንግል ውን ተወልደ' በለ። ምሳና ኸኣ ተራእየ። ገላ 4፡4።
፲፩ ውእቱ አምላክ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ወወልደ እጓለ እመሕያው በሥጋ አኮ ዘንብል ቦቱ ለዝንቱ ወልድ ዋሕድ ፪ቱ ህላዌያት ፩ዱ ዘይሰገድ ወካልኡ ዘኢይሰገድ ዳእሙ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወይሰገድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ።	11 ብመለኮት ናይ ባህርይ ወዲ እግዚኣብሔር፥ ብሥጋ ኸኣ ወዲ ኣብርሃም ወዲ ዳዊት ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ነዚ ሓደ ወልድ፥ ንሓደ ዝስገደሉ ነቲ ካልእ ዘይስገደሉ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ንብል ኣይኮንናን። ሰብ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባህርይ ሓደ እዩ እምበር። ምስ ሥጋኡ ውን ሓደ ስግደት ይስገደሉ።
፲፪ ዘንተኒ ነገረ ይቤ አትናቴዎስ ቢጸ ሐዋርያት ዘወፅአ ስሙዐተ ትምህርቱ እንዘ ይብል አኮ እሙንቱ ፩ዱ ዘእምእግዚአብሔር ዘበአማን ዘሎቱ ይሰገድ ወካልኡ ብእሲ እማርያም ወኢይሰገድ ሎቱ ዘከመ ውእቱ ኮነ ወልደ እግዚአብሔር በጸጋ ወባሕቱ ዘውእቱ እምእግዚአብሔር አምላክ ውእቱ በከመ ንቤ እስመ ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ አምላክ ወአኮ ካልእ ዘተወልደ በደኃሪ መዋዕል እማርያም።	12 እዚ ነገር'ዚ ውን እቲ ንሓዋርያት ዝመስልን ዜና ትምህርቱ ዝተፈልጠሉን ኣትናቴዎስ፥'እቲ ሓደ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ብሓቂ ዝስገደሉ፥ እቲ ካልእ ካብ ማርያም ዝተወልደ ብጸጋ ወዲ እግዚኣብሔር ዝኾነ ዘይስገደሉ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ተባሂሉ ዝኽፈል ክልተ ባህርያት ዘለዎ ኣይኮነን' ክብል ተዛረበ። እንተኾነ ግና ንሱ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ኣምላኽ እዩ ከም ዝበልና፥ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ኣምላኽ እዩ። እቲ ብዳጎረዋይ ዘመን ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ካልእ ኣይኮነን።

ዘቆዝሞስ ም፣ ፶፩	ዘቆዝሞስ ም፣ 95
፲፫ በከመ ትቤሎ ንጽሕት በኵሉ ግብራ ማርያም ድንግል ወላዲተ አምላክ ለሊቀ መላእክት ገብርኤል እፎኑ ይከውነኒ ዝንቱ እንዘ ኢየአምር ብእሴ አውሥአ መልአክ ወይቤላ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኀይለ ልዑል ይጼልለኪ ወዘኒ ይትወለድ እምኔኪ ቅዱስ ውእቱ ወይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ልዑል ወንሕነኒ ነአምር እሙነ ከመ ቃል ወልደ እግዚአብሔር ሕያው በአካሉ ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል ንጽሕት ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ በሥጋ ዘይት ዔረዮ ለህላዌነ ዘየሐምም ከማነ እንበለ ምትሐት ወኢጽላሎት ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ዘይትዋሓድ ምስሌሁ በአካል።	13 ብኵሉ ግብራ ንጽሕቲ ዝኾነት ወላዲት አምላኽ ድንግል ማርያም ንሊቀ መላእኽቲ ገብርኤል፥ 'ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ኢሉ እዚ ክኾነለይ ይኽእል፡' ከምዝበለቶ፥ እቲ መልኣኽ ውን 'መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ፥ ናይቲ ልዑል እብ ኃይሉ ክጽንዓኪ እዩ፥ ካብኺ ዝውለድ ውን ናይ ባህርይ አምላኽ እዩ፥ ወዲ ልዑል እግዚአብሔር ውን ይበሃል' ክብል ከም ዝመለሰላ፥ ንሕና ውን ወዲ ሕያው እግዚአብሔር ቃል ብፍሉይ ኣካሉ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ናትና ባህርይ ዝመስል፥ ምትሓት ኮነ ጽላሎት ብዘይኮነ ከማና ዝሓምም፥ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ፥ ብኣካል ምስኡ ዝተዋሓደ ሥጋ ወሲዱ ከማና ብሓቂ ሰብ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና።
፲፬ ወወልደ እግዚአብሔር አብ እምድኅረ ልደቱ ንጹሕ እማርያም ድንግል ዘይትሌዐል ንባበ ወልቡና ውእቱ ይትዔረዮ ለእግዚአብሔር በመለኮቱ ወይትዔረይ ህላዌነ በሥጋሁ ኢያምጽአ ኀቤነ ሥጋ እምህላዌ መለኮት ወኢክዋኔ መለኮቱ እምአመ ተፈጥረ ህላዌ ሥጋሁ ወንሕነ ንብል ከመ ተአምራት ወሕማማት ወንባብኒ ዘነበበ ዘይደሉ ለመለኮቱ ወትስብእቱ ዘዚአሁ ውእቱ ወኢንፈልጦ በዘኢይደሉ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ወኢኀበ ፪ቱ ገጻት ወኢኀበ ፪ቱ ምግባራት እምድኅረ ተዋሕዶ ወዳእሙ ንብል ከመ ውእቱ ፩ዱ መሢሕ ይእዜኒ ወበኵሉ ጊዜ።	14 ወዲ እግዚአብሔር እብ፥ ድኅር'ቲ ልዕሊ ኵሉ ዘረባን ምርምርን ዝኾነ፥ ካብ ዘርኢ ንጹሕ ዝኾነ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልዶ ልደቱ ውን ንሱ ብመለኮቱ ንእግዚአብሔር እብ ይተኻኸሎ እዩ። ሰብ ብምኻኑ ውን ንኣና ይመስል። ካብ ባህርየ መለኮቱ ከም ዝርከብ ጌሩ ንሥጋ ናባና ኣየምጽኦን። ናይ መለኮቱ ምርካብ ውን ባህርየ ሥጋኡ ምስ ተፈጥረ ኣይኮነን። እቲ ተኣምራት ምግባርን መከራ ምቕባልን ንመለኮቱን ትስብእቱን ዝሰማማዕ ዝተነግረ ውን ናቱ ገንዘብ ከምዝኾነ ንዛረብ ኣሎና። ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ብዘይግባእ ናብ ክልተ ባህርያት ናብ ክልተ ኣካላት ናብ ክልተ ገጻት ናብ ክልተ ግብራት ኣይንፈልዮን ኢና። ሎምን ብኵሉ ጊዜን ሓደ ክርስቶስ ከምዝኾነ ደኣ ንዛረብ እምበር።
፲፭ ወነአምን ከመ ፩ዱ ህላዌ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ ወኢንሴብሕ ፪ተ በከመ ጸሐፉ አበዊነ ንጹሐን በልቡና ዘኢይሠምሩ ከመ ይሰብሑ ፪ቱ ህላዌያተ እንበለ አሐዱ ዘእንበለ ፍልጠት።	15 ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንኣምን። እቶም እንትርፎ ከይፈላለዩ ‹ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ› እምበር ‹ክልተ ባህርያት› ኢሎም ኽመስግኑ ዘይደልዩ ንጹሓን ኣቦታትና ብምስትውዓል ከምዝጸሓፍዎ፥ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኢልና ኣይነመስግንን።

ዘቆዝሞስ ም፡ ፶፩ ፡ ዘባስልዮስ ም፡ ፶፯	ዘቆዝሞስ ም፡ 95 ፡ ዘባስልዮስ ም፡ 96
፲፯ ዝውእቱ ንባብነ በእንተ አምላክነ በንባብ ብሩህ ከመ ይኩን ለአርትዖ ሃይማኖትነ እንተ ኢትፈልስ ወዝ ውእቱ ተስፋ ሐዋርያዊ ጽኑዕ ዘሐነፅዎ አበዊነ ንጹሐን በዲበ ኰኵሕ እንተ ይእቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ።	16 ነታ ዘይትልወጥ ሃይማኖትና መረድኢ ንክሽውን፡ ብርዱእ ነገር ብዛዕባ ፈጣሪና እንምህሮ እዚ እዩ። ኣቦታትና ኣብ ልዕሊ ከውሒ ዝመሥረትዎ ጽኑዕ ሓዋርያዊ ተስፋ እዚ እዩ። እዚኣ ድማ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እያ።
፲፰ ወክርስቶስ እግዚእነ ወአምላክነ ይዕ ቀባ ዲበ ዛቲ ኰኵሕ ለዛቲ ሃይማኖት ርትዕት ዘእንበለ ኀልፈት እስከ ፍጻሜሃ ለዛቲ ዓለም ከመ ተህሉ እንዘ ትገብር ባቲ በቃለ ጽድቅ ዘከመ ቀኖናሃ ለቤተ ክርስቲያን ወምክረ ተአማንያን በንባብ ርትዕት እንተ ኢኮነት ርስሕተ።	17 ጽነት ብዘይብላ ቅንዕቲ ዘረባ፡ ከም ትምህርቲ ምእመናንን ከም ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ብሓቀኛ ቃል ቤተ ክርስቲያንና እናተሠርሓላ ምእንቲ ክትነብር፡ ጐይታና ፈጣሪና ክርስቶስ፡ ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት እዚኣ ብዘይምልዋጥ ክሳዕ ፍጻሜ ዘመን ኣብ ልዕሊዛ ከውሒ እዚኣ ንቤተ ክርስቲያን የጽንዓያ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፮ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 96 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ውስተ ጦማረ መልእክቱ ኀበ ቅዱስ ማሪ ቆዝሞስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ አአምን በልብ ወእትአመን በአፍ ኀቡረ ጥንቁቀ ዘእንበለ ኑፋቄ እምነተ ልዑለ በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ዘይትወሐድ ወዘኢይትሌለይ።	1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ባስልዮስ ናብ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቆዝሞስ ጽሒፉ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ 'ብሓድነት ተጠንቂቕ ብዘይጥርጥር ንርዱእን ሃይማኖት፡ በቲ ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ሓደ ዝኾነ ብዘይክፈል ብኣብን **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ብልቢ እኣምን፡ ብኣፍ ውን እእመን እየ' በለ።
፪ ልዑል ዘኢይትረአይ መለኮት ዘይሴባሕ ዕሩይ በምልክና ወህላዌ ወኃይል ወምግባር ወሥምረት ወሥልጣን ቀዳማዊ ዘይትመለክ ፫ቱ አካላት ቅዱሳን ፍጹማን በኵሉ ግብር ዘእንበለ ሕጸጽ።	2 ዘይምርመር ረቂቕ ምስጋና ናቱ ዝኾነ ፈጣሪ፡ ብኣምልኾ ብባህርይ ብኃይሊ ብሥራሕ ብፍቕድ ብሥልጣን ሓደ እዩ። ኣምልኾ ገንዘቡ ዝኾነ ቀዳማዊ እዩ። እቶም ምስጋና ናይ ባህሪኡም ዝኾነ ሠለስተ ኣካላት፡- ብኵሉ ሥራሕ ጕድለት ዘይብሎም ፍጹማን እዮም።
፫ ወለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ በዘዚአሁ አካል በቅድምና ወበምልክና ወፍጽምና አካላት እለ ይትአመሩ በዘዚአሆሙ ዝውእቱ ኢልደት ወልደት ወፀአት እስመ አብ ኢተወልደ ወአልቦቱ ህላዌ እምካልእ ወወልድሰ ወመንፈስ ቅዱስ እሙንቱ እምአብ ብሉያነ መዋዕል ዘእንበለ ጥንት ወልድ ተወልደ እምኔሁ ወውእቱ ወልድ ዋሕድ ቃል	3 ነፍስ ወከፍ ካብኣም ውን በብኣካሉ፡- ብቅድምናን ብኣምላኽነትን ብፍጹምነትን ጽኑዕ እዩ። እቶም ኣካላት ዝፈለጡ በብናቶም ግብሪ እዮም። እዚ ድማ ዘይምውላድ፡ ምውላድ፡ ምሥራፅ እዩ። ከመይ፡ **አብ** ኣይተወልደን፡ ካብ ካልእ ውን ኣይተረኽበን። ወልድን መንፈስ ቅዱስን ግና ጥንት ከይሃለዎም ዘመን ከይቀደሞም ካብ **አብ** ዝተረኽቡ እዮም እሞ ወልድ

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፮	ዘባስልዮስ ም፡ 96
ቀዳማዊ ወመንፈስ ቅዱስሂ ወፅአ እምአብ ጥዩቀ ዘከመ ይደልዎ ለመንፈስ ቅዱስ ወእሉ ፫ቱ አካላት አልቦሙ ጥንት ወኢፍጻሜ።	ካብ **አብ** ተወልደ፡ ንሱ ኸኣ እቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወዱ ብቅድምና ዝነበረ ቃል እዩ። መንፈስ ቅዱስ ውን ብእስትንፋስነት ከምዝግባእ ብግልጺ ብርዱእ ካብ **አብ** ሠረፀ። እዞም ሠለስተ አካላት ጥንት ፍጻሜ የብሎምን።
፬ ወእሙንቱ ቀዳማውያን መቅደመ ኵሉ መዋዕል ዘኮኑ ጽኑዓነ በህላዌ መለኮታዊ ወእሙራን እምተግባሮሙ ፍጡራን እለ ይከሥቱ ቅድምናሁ ለእግዚአብሔር ወምሥጢረ ብሉየ መዋዕልናሁ ውስተ ቅድስተ ቅዱሳን ምሥጢር ዘኢይትከሠት ዘውእቱ እግዚ አብሔር አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘይትአመር ስብሐተ ክብረ ምሥጢሩ መለኮታዊ ዘከመ መርሐነ ሰብሐቶሙ ለሐራ ሰማይ መንፈሳውያን እለ ያገምሮሙ ምሥጢሩ ልዑል።	4 በቲ ጐይትነት ፈጣሪነት ብዘለዎ ባህርይ ዝጸንዑ፡ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ዝነበሩ ቀዳማውያን እዮም።ብሥራሐም ይፍለጡ። ቅድምና እግዚአብሔር ቅድሚ ዘመን ምንባሩ ኣብ ጽርሐ ኣርያም ዝገልጹ ፍጥረታት እዮም። ዘይምርመር ምሥጢር እዩ። እዚ ድማ ከምቲ እቶም ረቂቐ ምሥጢሩ ዝውስኖም፡ ረቂቃን መላእኽቲ ሰማይ እቲ ምስጋናኦም ዝመሃረና፡ መለኮታዊ ምሥጢር ኣብ ዝግለጸሉ፡ ብግብሪ ጐይትነት ዝፍለጥ እግዚአብሔር፡ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዩ።
፭ መለኮት ወቡሩክ ውእቱ ስብሐቲሁ እምጽርሑ ይኬልሑ በስብሐተ እሉ አካላት ክቡራን ቦሙ አእምን ወእትአመን ከመ እሙንቱ ወህላዌ ወኢይብል ከመ አካላት ቅዱሳን ካልአን እሙንቱ እምነ ህላዌ መለኮታዊ መለኮትሰ ውእቱ አካላት ዘውእቱ ገጻት ቅዱሳት።	5 ምስጋናኡ ውን ናይ ባህሪኡ እዩ። ኣብ ጽርሐ ኣርያም እዞም ክብሪ ናይ ባህሪኦም ዝኾነ ሠለስተ ኣካላት ድምፆም ዓው ኣቢሎም የመስግኑ። ንሳቶም መለኮት ባህርይ ከምዝኾኑ ብእኦም እኣምን እየ። እእመን ውን እየ። እዞም ዝተፈላለዩ ዝኾኑ ኣካላት ካብ መለኮታዊ ባህርይ ፍሉያት እዮም ኣይብልን። መለኮትሲ ኣካላት እዩ። እዚኣቶም ከኣ ፍሉይ ዝኾኑ ገጻት እዮም።
፮ ወበእንተ ዝንቱ ንባብ አምላካዊ ይሜህረነ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በመንፈስ ቅዱስ ዘቦቱ ነበበ እንዘ ይብል አንሰ ሶበ እቤ እግዚአብሔር እብል በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እስመ ፩ዱ ውእቱ መለኮተ ሥላሴ ወሠለስቲሆሙ ፩ዱ እሙንቱ በመለኮት።	6 ኣምላኽ ዘዛረቦ ብዛዕባ'ዚ ነገር'ዚ ውን እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ቡቲ ኣብኡ ኃዲሩ ዝተዛረበ መንፈስ ቅዱስ፥ 'ኣነ እግዚአብሔር ክብል ከለኹ ብዛዕባ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** እዛረብ ኣለኹ' ክብል ይምህረና። ከመይ ናይ ሠለስቲኣም ባህርይ ሓደ እዩ፡ ሠለስቲኣም ውን ብመለኮት ሓደ እዮም።
፯ ወእሙነ እብል ከመ እሙንቱ መለኮት ወለለ፩ዱ እምአካላተ ቅድስት ሥላሴ ያበጽሕ ፍጹመ መለኮተ ምስለ ዚአሁ አካል ወስም ወዝኒ ዘመለኮት ዚአሁ ውእቱ ወአኮ ፩ዱ ፩ዱ አካል እም፫ቱ አካላት ከመ መለኮት ዘያስተጋብእ አካላተ።	7 ንሳቶም መለኮት ከምዝኾኑ ብሓቂ እዛረብ ኣለኹ። ካብ ኣካላት ቅድስት ሥላሴ ነፍስ ወከፍ ምስቲ ገንዘቡ ኣካልን ገንዘቡ ስምን ንፍጹም መለኮት ገንዘብ ይገብር። እዚ ኣካልን ስምን ድማ ናይ መለኮት ገንዘብ እዩ። ካብዞም ሠለስተ ኣካላት ነፍስ ወከፍ ኣካል እቲ ሓደ መለኮት ንኣካላት ሓደ ዝገብር ኣይኮነን።

ዘባስልዮስ ም፡ ፺፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፰ ወአካላትሰ ከመ ብርሃን ወብርሃን ወብርሃን ወእሙንቱ ፩ዱ ብርሃን ወ፩ዱ ዘኢይትከፈሉ በመለኮት ውስተ አካላት ወካዕበ እሙንቱ ከመ ሕይወት ወሕይወት ወሕይወት እንዘ ፩ዱ ሕይወት እሙንቱ ወመለኮት ወይትበሀሉ ፩ዱ በዘ፩ዱ እሙንቱ።	8 አካላት፥ ብርሃን ብርሃን ብርሃን ይበሃሉ፡ ንሳቶም ድማ ሓደ ብርሃን እዮም። ብመለኮት ከም አካላት ብመለኮት ዘይክፈሉ ሓደ እዮም። ከምኡ ውን ሓደ ሕይወት ክቑኑ ከለዉ፥ ሕይወት ሕይወት ሕይወት ይበሃሉ፡ በቲ ሓደ ዝቑኑሉ ድማ ሓደ ይበሃሉ።
፱ ወቦቱ እሙንቱ በዘዚአሆሙ ዘክሡት ወዕውቅ እስመ ቦቱ አካላት እሙንቱ ወለእመ ለበውነ ፩ደ ፩ደ እምኔሆሙ ውእቱሰ አምላክ ወመለኮት ወህላዌ ወአካል ዘምስለ ገጽ ወዓዲ ለእመ ለበውናሆሙ ኀቡረ እሙንቱሰ ፩ዱ አምላክ ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ምግባር ወአሐቲ ሥምረት ወ፩ዱ ገባሪ ወአሐቲ አእምሮ።	9 አካላት፥ በቲ ፍሉጥን ርዱእን ገንዘቦም ሠለስተ እዮም። ከመይ አካላት ሠለስተ እዮም። ካብኦም ንነፍስ ወከፍ አካል ካብ ፈለጥና፥ ንሱ አምላኽ መለኮት ህላዌ እዩ። ገጽ ዘለዎ አካል ውን እዩ። ከምኡ ውን ሓደ ከምዝቑኑ ካብ ፈለጥናዮም፡ ሠለስቲኦም ሓደ አምላኽ እዮም። ሓደ መለኮት ሓደ ሥራሕ ሓደ ፍቓድ ሓደ ፈጣሪ ሓደ ፍልጠት እዮም።
፲ ወከመዝ ይትመለኩ በመለኮት ወህላዌ ወምልክና ወምግባር ወበስምሂ ይትዐወቁ ወአኮ ዘከመ ተናገረ ሰባልዮስ ረሲእ እንዘ ይሜህር ወይብል ከመ መለኮት ፩ዱ አካል ውእቱ ወበከንቱ ተሰምየ ስመ በበዘመኑ ወሐለየ ከመቦ ጊዜ አመ ተሰምየ አበ ወቦ ጊዜ አመ ተሰምየ ወልደ ወቦ ጊዜ አመ ተሰምየ መንፈስ ቅዱሰ።	10 ብመለኮት ብባህርይ ብኣገዛዝኣ ብሥራሕ ብከምዚ ዝበለ ሓደ አምላኽ ይበሃሉ። ብስም ከኣ(**አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ተባሂሎም) ይፍለጡ። ከምቲ ሰባልዮስ፥ 'አብ ዝተባህለሉ ጊዜ፡ ወልድ ዝተባህለሉ ጊዜ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝተባህለሉ ጊዜ ከምዘሎ ኣምሲሉ፡ በብዘመኑ በቲ ሥራሕ ዘይብሉ ስም ተጸውዐ እምበር መለኮት ሓደ ኣካል እዩ' ክብል ዝመሃሮ ኣይኮነን።
፲፩ ወኢንቤ ዘከመ ይቤሉ አርዮስ ወአውናምዮስ እለ ተህበሉ ወተአመኑ እንዘ ይብሉ ከመ አካላተ መለኮት ዘዘዚአሁ ህላዌያት ወሃይማኖትነ ኦርቶዶክሳዊት ርትዕት ትትገንሥ እም ክሕደቱ ለአቡሊናርዮስ ረሲእ ዘአልቦቱ አምላክ ዘይሠርዕ ሥላሴ በበመዐርጊሁ ወሥርዓቶ ናሰትት ወናርጎቅ እምኔነ ዓመፃሁ ለመቅደንዮስ ዘፀረፈ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ወረከቦ ኮነኔ ዘበጽድቅ በከመ ይቤ መድኃኒነ በወንጌል ቅዱስ ዘሰ ፀረፈ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ኢይትኀደግ ለዓቱ በዓለም ወኢ በዘይመጽእ ዓለም። ማቴ ፲፪፡፴፪።	11 ከምቲ ብድፍረት ‹ናይ መለኮት ኣካላት ዝተፈላለዩ ባህርያት እዮም› ብምባል ዝኣምኑ ኣውናምዮስን ኣርዮስን ዝብልዎ ኣይብልን ኢና። እዛ ‹ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ› እትብል ቅንዕቲ ሃይማኖትና ውን ኣምላኽ ዝረሓቐ ስለዝቑነ ካብቲ ‹ነዞም ሠለስተ ኣካላት ብመዓርግ ዘበላልጽ› ክሕደት ኣቡሊናርዮስ ትፍለ እያ፡ ንልምዱ ውን ነርሕቐ ኢና። ጐይታ ኣብ ቅዱስ ወንጌል 'ንመንፈስ ቅዱስ ዝቕሓደ ኣብዚ ዓለም እዝን ኣብቲ ዝመጽእ ዓለምን ኃጢኣቱ ኣይሥረየሉን እዩ' ከምዝበለ ንክሕደት ናይቲ ንመንፈስ ቅዱስ ክሒዱ ብዝግባእ ዝተፈርደ መቅደንዮስ ውን ካባና ነርሕቐ ኢና። ማቴ 12፡32።

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፲፪ ወንሕነሰ ንዌስክ ውስተ ሃይማኖትነ ርትዕት ወጽንዕት ወጽድቅት ወክብርት ንባበ ትስብእቱ ለወልድ ዋሕድ እግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ዘእም ቅድስት ሥላሴ ዘይሰገድ ወበከመ ንትአመን በሕሊና ከማሁ በንባብኒ ወበቃልኒ ነአምን ወንትአመን ከመ ዝንቱ ተወልደ እምአብ ቅድመ ዘእንበለ መዋዕል ወኢሕማም ዘርኁቅ እምኵሉ ዘመን ወፍልጠት ወበደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ ወሐድሶ ፍጥረትነ ወሚጠት ኀበ ዘኮነ ቅድመ ተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል ንጽሕት ።	12 ንሕናስ ኣብ ልዕሊ በታ ቅንዕትን ጽንዕ ትን ርድእትን ክብርትን ምሥጢረ ሥላሴ ምእማናን፡ በቲ ዝሰገደሉ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ እግዚአብሔር ቃል ወልድ ዋሕድ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ንዛረብ። ከምቲ ብልቢ እንኣምኖ ከምኡ ውን ብኣዘራርባን ብቓልን ከምዚ ኢልና ንኣምን። ምቅድዳም ከይሃለወ፡ ሓጋዚ ከይደለየ፡ ምድኃንን ምፍላይን ከይሃለዎ ንሱ ካብ እብ ከምዝተወልደ፡ ብዳጎራይ ዘመን ውን ንኣና ንምድኃንን ባህርይና ንምሕዳስን፡ ንኣና ናብቲ ቀዳማይ ርስትና ንክመልስን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን።
፲፫ እስመ ሶበ ይቤላ ገብርኤል ሊቀ መላእክት ተፈሥሒ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ነአምን ከመ ቃል ኀደረ ውስቴታ ወተሠገወ እምኔሃ ፍጡነ ከመ ቅጽበተ ዐይን በዘኢይተረኰም ወዘከመ ለሊሁ የአምር ኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ወኢተፈልጠ ተዋሕዶተ መለኮት ዘኢይትከፈል በትስብእቱ ለዋሕድ። ሉቃ ፩፡፳፰-፴፬።	13 ሊቀ መላእክት ገብርኤል ውን ‹ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍሰኺ ነፍስ ወሲዱ ሰብ ክኸውን እዩ'ሞ ተሓጐሲ› ምስ በላ ቃል ኣብ ማኅፀና ከምዝኃደረ፡ ብዘይምርመር ምሥጢር ውን ብቅልጡፍ ከም ቅጽበተ ዓይኒ ካብኣ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን። ባዕሉ ንሱ ከምዝፈልጦ ድማ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃደረ። ዋሕድ ቃለ እግዚአብሔር ሰብ ብምኻኑ ውን እቲ ዘይክፈል ሓድነት መለኮት ኣይተኸፍለን። ሉቃ 1፡26-39።
፲፬ ፩ዱ ውእቱ ቃል አመ ተሠገወ ወእምቅድመ ዓለም ፩ዱ ውእቱ መንፈስ ዘእንበለ ሥጋ ከመ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወበደኃሪ መዋዕል ሶበ ተሰብአ በእንተ መድኃኒትነ ኢኮነ መንፈሰ ዘከመ ኮነ እምቅድመ ትሥጉት አላ ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ መለኮት ወትስብእት ወእሙንቱኒ ፍጹማን በዘዚአሆሙ ወዘቦቱሂ ኢኮነ ካልአ እምዘነበረ ቦቱ ቅድመ መንፈስ ወባሕቱ ጸንዐ በዘዚአሁ ህላዌ ዘከመ ቀዳሚ አመ ተወክፈ ተዋሕዶተ በሥጋ ወኮነ ሰብአ በእንቲኣነ።	14 ቃል ሰብ ምስ ኮነ ሓደ እዩ፡ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ውን ሓደ እዩ። ከም እብን መንፈስ ቅዱስን ግዘፍ ዘይብሉ ረቂቕ እዩ። ብዳጎራይ ዘመን ንኣና ንምድኃን ሰብ ምስ ኮነ ግና ከምቲ ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ዝነበሮ ዘይድኅሥሥ ኣይኮነን። ምስ መለኮትን ሥጋን ሓደ እዩ'ምበር። ንሳቶም ውን በብገንዘቦም ፍጹማን እዮም። ኣምላኽ ደኃር ዝተገልጸሉ ባህርይ ካብቲ ቅድም ዝነበሮ ረቂቕ ባህሪኡ ፍሉይ ኣይኮነን። ምስ ሥጋ ንተዋሕዶ ገንዘብ ምስ ገበረን ምእንታና ሰብ ምስ ኮነን ከም ቅድሙ በቲ ገንዘቡ ባህርይ ጸኒዑ ነበረ እምበር።
፲፭ ወከመ ባቲ ለነፍስ ነባቢት ጽንዕ እንዘ ልዕልት ትትዋሓድ ምስለ ሥጋ	15 እታ ነባቢት ነፍስና ውን ረቃቕ እንከላ ምስ ሥጋ ንክትዋሓድ ኃይሊ ከምዘለዋ፡ ሥጋ ከይኮነት ውን ረቂቕ ባህሪኣ

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፯	ዘባስልዮስ ም፡ 96
ወኢትገድፍ እምኔሃ መንፈስናሃ ለህላዌ እንተ ኢኮነት ሥጋ አላ በዕሪና እንዘ ጽኑዓን ፪ቱ ኅቡረ በበህላዌሆሙ ኮኑ ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካለ ወ፭ደ ብእሴ ፍጹመ ወከማሁ ወልደ እግዚአብሔርሂ ቀዳማዊ ዘተዋሐደ በሥጋ ዘውእቱ መትሕተ መዋዕል በ፭ዱ አካል እንበለ ውላጤ ወለውእቱሂ ሥጋ ቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ።	ካብኣ ከም ዘይትገድፍ፡ እኳ ደኣ ክልቲኦም በብገንዘቦም ጽኑዓት ንክኾኑ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ፍጹም ሰብ ከምዝኾኑ፡ ከምኡ ድማ ናይቲ ምስ ድኅሪ ዘመን ዝተረክበ ሥጋ ብዘይምልዋጥ ሓደ ኣካል ኮይኑ ዝተዋሓደ ቀዳማዊ ወልደ እግዚኣብሔር ከምኡ እዩ። ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ኣለዎ።
፲፮ ወተሰምየ አማኑኤልሃ ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር አምላክነ ምስሌነ እንዘ ፭ዱ ገጽ ወ፭ዱ አካል ወ፭ዱ ህላዌ ሥግው እንበለ ውላጤ ወኢተስሕት ወዘኮነ እምኔሆሙ ተዋሕዶ ዘኢይ ተረጐም ወዘኢይትነገር ዘሰ ይደልዎን ቱሳሔ ዘበርትዕ እማንቱ ሥጋት ርጡባት ወእማንቱኒ ነኪራት እምህላዌ ዘአልቦቱ ሥጋ።	16 ኣማኑኤል ድማ ተባህለ። ትርጕሙ ኸኣ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ምስ ባህሪና ሓደ ኮነ ማለት እዩ። ብዘይምትሕውዋስ ብዘይምልዋጥ ሰብ ዝኾነ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። እቲ ምስ መለኮትን ትስብእትን ዝኾነ ተዋሕዶ ዘይንገርን ዘይምርመርን እዩ። ብሓቂ ምትሕውዋስ ዝግብኣን ርጥበት ዘለወን ሥጋታት እየን። እዚኣን ድማ ካብ ግዘፍ ዘይብሉ ባህርይ ዝተፈልያ እየን።
፲፯ ወዓዲ ኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ እስመ ለምንታዌ አእተታ ተዋሕዶ ወተዋሕዶኒ ያግኀሥ ኮኖኔሁ ለምንታዌ እስመ ውእቱ ተዋሕዶ አካላዊ ዘኢይትከፈል ወመኑ ዘይሔሊ ከመ ውእቱ ግብር ጽዱቅ ተናግሮ ከመ ይትወለጥ እግዚአብሔር ቃል ዘኢኮነ ፍጡረ ኀበ ሥጋ ወሥጋሂ ዓዲ ዘተነሥአ እምቅድስት ድንግል ዘይትዔረየነ በህላዌ ፈለሰ እምህላዌሁ ኀበ ህላዌ መለኮት።	17 ተዋሕዶ ምንታዌ(ክልተነት) ስለዘጥፍኣ ድኅሪ ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርይ ኣይክፈልን እዩ። ተዋሕዶ ዘይክፈል ኣካላዊ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ተዋሕዶ እዚ ‘ነቲ ካብ ክልተ ዝተረክበ ክልተ ክበሃል ኣለዎ’ ዝብል ፍርዲ ይልወጥ እዩ። ‘እቲ ፍጡር ዘይኮነ እግዚኣብሔር ቃል ናብ ሥጋ ምኻን ይልወጥ እዩ፡ ከምኡ ውን እቲ ብባህርይ ዝመስለና ካብ ንጽሕት ድንግል ዝተረክበ ሥጋ ውን ካብ ባህሪኡ ናብ ባህርየ መለኮት ምኻን ተለወጠ’ ኢልካ ምዝራብ፡ ሓቂ ከም ዝኾነ ዝሓስብ መን እዩ፡
፲፰ ወአኮ ዘከመ ኮነት በትሩ ለሙሴ አርዌ ምድር ወማየ ተከዚኒ ደመ ወብርሃነ ግብጽኒ ጽልመተ ወከማሁ አኮ ዘተወለጠ ቃለ እግዚአብሔር ኀበ ህላዌ እንለ እመሕያው እስመ እሉሰ ፍጡራን እሙንቱ ወእሙራን በክዋኔ ወመትሕተ ዘመን ወበእንተዝ ረከቦሙ ውላጤ ወህላዌ መለኮትሰ ጽኑዕ ውእቱ ወይሄሉ ዘልፈ እንበለ ማኅለቅት ወኢይትገመር ወኢይረክቦ ውላጤ ወኢሚጠት። ዘፀአ ፬፡፭-፫። ፯፡፲፯። ፲፡፳፪።	18 በትሪ ሙሴ ተለዊጣ ተመን ከምዝኾነት፡ እቲ ፈሳሲ ማይ ውን ተለዊጡ ደም ከም ዝኾነ፡ ናይ ግብጺ ብርሃን ውን ተለዊጡ ጸልማት ከምዝኾነ፡ ከምኡ ኸኣ እግዚኣብሔር ቃል ናብ ባህርየ ሰብ ምኻን ዝተለወጠ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲኦም ፍጡራን እዮም፡ ብፍጥረቶም ውን ፍሉጣት እዮም፡ ከምኡ ውን ድኅሪ ዘመን ዝተረክቡ ስለዝኾኑ ምልዋጥ ረኸቦም። ባህርየ መለኮት ግና ምልዋጥ የብሉን፡ ፍጻሜ ከይሃለዎ ውን ኮሉ ሳዕ ይነብር። ኣይውሰንን ምልዋጥ ኮነ ምንዋጽ ውን የብሉን። ዘፀአ 4፡1-3። 7፡17። 10፡22።

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፲፱ ወለእመ ኮነ አርአያ ክህነት በእደዊሆሙ ለነቢያት በከመ ተብህለ በአፈ ሆሴዕ ነቢይ ወባሕቱ አርአያሰ ኢኮነ ተውላጠ ህላዌ አላ ትእምርቱ ያበጽሕ ኀበ መሥፈርተ ጽድቅ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ሕዝቅኤል ነቢይ እስመ ዝንቱ አርአያ አምሳለ ስብሐተ እግዚአብሔር ያዔውቅ እስመ አምሳል ዘስብሐተ እግዚአብሔር ውእቱ ወአኮ ውላጤ ወኢሚጠት ሕስው ርኁቅ ውእቱ እምትስብእተ ቃለ እግዚ አብሔር። ሆሴ ፲፪፡፲። ሕዝ ፩፡፳፭	19 ‹አርአያ ክህነት› ከም ኣዘራርባ ነቢያት እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ከምቲ ነቢይ ሆሴዕ ዝበሎ እዩ። እንተኾነ ግና እቲ ምልክቱ ደኣ ሓቅነት ናብ ምርዳእ የብጽሕ እምበር ‹አርኣያ› ናይ ባህርይ ለውጢ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ እዩ ነቢይ ሕዝቅኤል ‹እዚ ራእይ'ዚ ናይ እግዚኣብሔር ነገረ ጐይትነቱ የረድእ› በለ። ከመይ ናይ እግዚኣብሔር ምልክት ጐይትነቱ እዩ። ምልዋጥን ባህርይ ምግዳፍን ኣይኮነን እሞ፥ ‹ተለዊጡ እዩ፡ ተራእዩ ጠፊኡ እዩ› ኢልካ ምሕሳብ ኮነ ምዝራብ ግና እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ኮነ ካብ ምባል ዝረሓቐ እዩ። ሆሴ 12፡10። ሕዝ 1፡28።
፳ ወዝንተ ንባበ መሀረነ ጳውሎስ ዘኮነ ክርስቶስ ይነብብ በልሳኑ እንዘ ይሰብክ ዝኰ ዘውእቱ አርአያሁ ለእግዚአብሔር እንዘ ይብል አኮ ሐዲዶ ዘኮነ እግዚአብሔር አላ አትሒቶ ርእሶ ወነሢአ አርአያ ገብር። ፊልጵ ፪፡፮-፯።	20 እቲ ክርስቶስ ኣብኡ ኃዲሩ ዝተዛረበ ጳውሎስ፥ ንእግዚኣብሔር **ኣብ** ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተቓኸሎ ክርስቶስ ንምእመናን ክምህር ከሎ፥ ኣምላኽ ሰብ ዝኾነ ርእሱ ኣትሒቱ፡ ናይ ግዙእ ባህርይ ወሲዱ እዩ እምበር ብጎድሬት ብውላጤ (ምልዋጥ) ኣይኮነን ክብል ነዚ ነገር'ዚ ኣረድኣና። ፊልጵ 2፡6-8።
፳፩ በከመ ውእቱ አምሳሊሁ ለእግዚአብሔር በመለኮት ወለሊሁኒ እግዚአብሔር ውእቱ ወአኮ በምትሐት ወአምሳል ከንቱ ዘአልቦቱ አካል ከማሁ አመሂ ተሠገወ ወተሰብአ ህላዌ መለኮት እሙነ ወአመ ተዋሐደ በሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ተዋሕዶ አካላዊ ወተዋሕዶ ውእቱ ዘክልኤሆሙ ኀቡረ።	21 ከምቲ ንሱ ንእግዚኣብሔር **ኣብ** ብመለኮት ዝመስሎን ዝተቓኸሎን፡ ንሱ ባዕሉ ውን ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ኣካል ዘይብሉ ምትሓት ኮነ ውላጤ ከምዘይኮነ፡ ባህርየ መለኮት ብሓቂ ሰብ ምስ ኮነ፥ ብኣካላዊ ተዋሕዶ ውን እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ምስ ተዋሓደ ከምኡ እዩ (ኣይተለወጠን)። ተዋሕዶ ውን ብሓድነት ናይ መለኮትን ትስብእትን ገንዘብ እዩ።
፳፪ ወበእንተዝ ሰመዮ ጳውሎስ አርአያሁ ለእግዚአብሔር በዘዚአሁ ህላዌ መለኮት ወበትሕትና ትስብእትሂ ዘተወክፎ በፈቃዱ ወአኮ በሐልዮ አላ ዘበጽድቅ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ።	22 ስለዚ ድማ ጳውሎስ በቲ ናቱ ዝኾነ ባህርየ መለኮትን፡ በቲ ፈትዩ ዝተቐበሎ ሰብ ብምኻን ትሕትናን፥ 'ኣርኣያኡ ንእግዚኣብሔር' ክብል ሰመዮ። ሓሲቡ ዝተረፈ ኣይኮነን። ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝኾነ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ምልዋጥ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር።
፳፫ ነሥአ ሥጋነ አመ ተዋሐደ ቦቱ በከርሠ ድንግል ቅድስት ወተወክፈ ፍጻሜ ፅንስ ወልደት ዘበአማን አመ ጎልቀ ወተፈጸመ መዋዕሊሃ ከመ	23 ሰብ ንክኸውን፥ ኣብ ማኅፀን ንጽሕት ድንግል ሥጋ ተዋሒዱ፡ ከምቲ ወንጌል ዝበሎ ናይ ዕለት ፅንሲ ኮይኑ፡ ንክትወልድ ወርኃት ፅንሳ ኣብ ዝተፈጸመሉ ጊዜ ምውላድ ገንዘብ ገበረ።

ዘባስልዮስ ም፡ ፺፮	ዘባስልዮስ ም፡ 96
ትለድ በከመ ሰበከ ወንጌል ወልደቱኒ ኮነ ብርሃነ መድኃኒትነ አሜሃ አእመርዎ መላእክት ወኮንዎ ስምዐ በጎበ ኖሎት ከመ ውእቱ ይከውን ፍሥሓ ዓቢየ ለኵሉ ዓለም። ማቴ ፩፡፲፰። ሉቃ ፪፡፮-፲፱።	ልደቱ ውን መፈለጥታ ድኅነትና ኮነ። ሽዑ ጊዜ መላእክቲ ፈለጥዎ። ንሱ ንኵሉ ዓለም ፍጹም ሓጐስ ከምዝኸውን ከኣ ነቶም ንሶት መስከርሉ። ማቴ 1፡18። ሉቃ 2፡6-19።
፳፬ ወኵሉ ግብረ ህላዌነ ዘፈቃድ እንተ አልባቲ ሐሜት ተዐገሠ በሥርዓት መድኃኒነ እንተ ባቲ ተመሰለ ኪያነ ዘእንበለ ኃጢአት አመ ጸውዐ በጎቤሁ ከመ አምላክ ወተዋሐደ ቦቱ ወሐመ ከመ ሰብእ በሥጋ ዚአሁ ተወክፈ ሕማማተ እስመ ለሊሁ ፈጸመ ጽድቀ ተሰብአ ዘውእቱ ረኃብ ወጽምእ ወንዋም ወድካም እምሐዊረ ፍኖት መከራ ወስቅለት።	24 ነታ ሕሜት ዘይብላ ፈትዩ ዝተዋሓዳ ናይ ባህርይና ሥራሕ ንኵሉ፥ መድኃኒና ክርስቶስ ብዘይካ ኃጢኣት ንኣና ብዝመሰለላ ሰብነቱ ገንዘብ ገበረ። ኣምላኽ ብምኻኑ ነቲ ሥጋ ንተዋሕዶ ምስ ኣብቅየን ምስ ተዋሓዶን፥ ሰብ ብምኻኑ በቲ መከራ ዝሰማምየ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓመመ። ንሱ ሰብ ምኻኑ ዝገልጸሉ ሥራሕ ሠሪሑ እዩ፥ እዚ ድማ ጥሜት ጽምኢ ድቃስ መገዲ ብምኻድ ምድካም መከራ ምቕባልን መስቀልን እዩ።
፳፭ ዝኩ እምድኅረ ትንሣኤሁ መድኃኒነ እንዘ ያጤይቅ ለአርዳኢሁ ትስብእቶ ሶበ ተዐቅፉ ቦቱ ይቤሎሙ ግሥሡኒ ወነጽሩኒ እስመ ለመንፈስ አልቦቱ ሥጋ ኢአዕፅምት ዘከመ ትሬእዩ ብየ ወኢይቤ አንሰ እትረአይ በአምሳለ ሥጋ ወአዕፅምት አላ ይቤ ብየ ሥጋ ወአዕጽምት ያጤይቅ እስመ ለግብር ዘኢኮነ ሎቱ ነሥአ እምህላዌነ በተዋሕዶ እሙን ዘኢይትከፈል ። ሉቃ ፳፬፡፴፱-፵።	25 ድኅሪ'ቲ ድኅነትና ዝኾነ ትንሣኤኡ፥ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ንሱ ምትሓት መሲልዎም ኣብ ዝተጠራጠሩሉ ጊዜ፥ ሰብ ምኻኑ ከረድእ ከለሎ፥ 'ርኣዩንን ዳኅሥሡንን' በሎም። ከመይ 'ኣባይ ከም እትርእይዎ ንምትሓት ሥጋ ኣዕፅምቲ የብሉን።' ኣነ ሥጋ ዓፅሚ መሲለ እርእ ኣሎኹ ኣይበለን። እኳ ደኣ ሥጋ ዓፅሚ ኣሎኒ በለ እምበር። ነቲ ገንዘቡ ዘይነበረ ሥጋ ብዘይኽፈል ሓቀኛ ተዋሕዶ ካብ ባህርይና ከምዝወሰዶ የረድእ። ሉቃ 24፡ 31-40።
፳፮ ዐቀበ ድንግልናሃ ለወላዲቱ ቅድስት ዝንቱ ውእቱ መንክር ልደት ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ወዘያጤይቅ እስመ ዘተወልደ አምላክ ውእቱ እስመ ውእቱ ተዋሐደ በፅዱ አካል ምስለ ሥጋ ዘይደልዎ ልደት እስመ ፍጹም መለኮቱ ዘአልቦቱ ማኅለቅት ተዋሐደ በሥጋ በዘይትሌዐል ወዝንቱ ውእቱ ክፍል እመንክራት።	26 ድንግልና ንጽሕት ኣደኡ ኣጽንዐ። ንእግዚኣብሔር ዝግባእ ግሩም ልደት እዚ እዩ። እቲ ዝተወልደ ውን ኣምላኽ ምኻኑ ዘረድእ እዩ። ምኽንያቱ ምስቲ ልደት ዝግብኦ ሥጋ ሓደ ኣካል ብምኻን ዝተዋሓደ ንሱ እዩ። እቲ ምልዋጥ ዘይብሉ ፍጹም መለኮት፥ ምስቲ ብዘርኢ ካብ ምውላድ ዝረሓቐ ሥጋ ብምውሕሓዱ፥ ካብ ዘደንቁ ነገራት ሓደ እዚ እዩ።
፳፯ እመቦ ዘይፈቅድ ያእምር ክፍለ እመንክራተ ሥምረቱ ለእግዚአብሔር ወኃይለኒ ዘረሰየ ዐቅመ ለህላዌሁ	27 እግዚኣብሔር ብፍቓድ ካብ ዝገበሮም ዘደንቑ ሥራሓት እቲ ሓደ ክፍሊ፥ ነቲ ባህሪኡ ብሓፂር ቁመት ብጸቢብ ደረት

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፮	ዘባስልዮስ ም፡ 96
ኢይመውያ ህላዌ ፍጡራን እስመ ኢሳይያስ ነቢይ ክቡር በውስተ ነቢያት ሰመዮ መንክረ ወመንክርኒ ውእቱ ግብር ዘኢይትረከብ ወዘኢይትረከብኒ ውእቱ መልዕልተ ህላዌ ፍጡራን ወኢይትከህል ይስአሉ በእንቲአሁ በሐተታ እስመ አጽናፈ ምድር በእራኁ በከመ ጽሑፍ። መዝ ፶፭(፶፬)፡፬ ። ኢሳ ፱፡፮።	ንክውሰን ዝገበረሉን ንከሃሊነቱን፥ ኽምር ምር ዝፈቱ ሰብ እንተሎ ናይ ፍጡራን ባህርይ ኣይምርመርን እዩ። ኣብ ነቢያት ዝኸበረ ነቢይ ኢሳይያስ፥ 'መንክር (ግሩም)' ኢልዎ እዩ እሞ መንክር(ግሩም) ዝበሃል ዘይምርመር ሥራሕ እዩ። ዘይምርመር ግብሪ ልዕሊ ባህርየ ፍጡራን እዩ። ናቱ ነገር ብምርምር ክብጻሕ ኣይክኣልን እዩ። ከመይ ከምዝተጻሕፈ ዓለም ብምልኣ ኣብ ማእከል ኢዱ እያ። መዝ 95 (94)፡4። ኢሳ 9፡6።
፷፰ ወሶበ ተሰብአ በፈቃዱ ትትሌዐል እምህላዌ ፍጡራን ገረረ ለሕገ ህላዌነ ዘእንበለ ኃጢአት ወተዋሐደ በህላዌ ዘከመ ቃለ ነቢይ ወሖረ በፍኖተ ዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ከመ ያእትት ኃጢአተ እምኔነ ወይሥዐር መርገመ እንተ ኀደረት ዲበ ዘመድነ ሰብአዊ እስመ በእንተ ዝንቱ መጽአ ይፈውስ ሕማመ ድካምነ በፈውሰ ዚአሁ ጽኑዕ ነሚአ ኮሎ ኃሣረ ግብርነ ዘእንበለ ኃጢአት ከመ ይክሥት ኢሙስና በዘተደለወ ለሙስና። ኢሳ ፯፡፲፬። ፶፫፡፩-፯።	28 በታ ልዕሊ ባህርየ ፍጡራን ዝኾነት ፍቓዱ ሰብ ምስ ኮነ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ነቢይ ከምዝበሎ ናትና ባህርይ ተዋሓደ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ናትና ሥራሕ ሠርሐ። ካባና ኃጢኣት ንከርጎቕ፡ ነቲ ብሰብኣዊ ባህሪና ተፈሪዱ ዝነበረ መርገም ውን ኽኸጥፍእ፡ በቲ ንጥፍኣት ተዋሂቡ ዝነበረ ባህርይ ዘይምልዋጥ ኽክገልጽ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ነቲ ኮሉ ብግብርና ተፈሪዱና ዝነበረ መከራ ተቐቢሉ፡ በቲ ርዱእ ሕማሙን ሞቱን ነቲ ብድኻምና ዝገበርናዮ ኃጢኣት ኽኸጥፍእ፥ በዚ ሰብ ኮይኑ እዩ። ኢሳ 7፡14። 53፡1-7።
፷፱ እስመ ኢገብረ ኃጢአተ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ በከመ ተነበየ ኢሳይያስ አምላካዊ ክቡር ውስተ ነቢያት በእንተዝ መጽአ ውስተ መከራሁ ለሞት ያብጥል ሞተ ዘተሠልጠ ላዕሌነ እስመ ኢመዋቲ በህላዌሁ ። ኢሳ ፶፫፡፱። ፩ጴጥ ፪፡፳፪። ዮሐ ፰፡፵፮። ፪ቆሮ ፭፡፳፩።	29 ከመይ ኃጢኣት ኣይገበረን፡ ኣብ መልሓሱ ውን ሓሶት ኣይተረኽበን። ኣብ መንጎ ነቢያት ዝኸበረን ኣምላኽ ዝኃደሮን ኢሳይያስ ከምዝበሎ፥ ስለዚ ብባህሪኡ ሞት ዘይብሉ እንከሎ፡ ነቲ ኣባና ሠልጢኑ ዝነበረ ሞት ኽኸጥፍእ፡ ንሞት ዘብቅየ መከራ ንምቕባል ሰብ ኮነ። ኢሳ 53፡9, 1ይ ጴጥ 2፡22, ዮሓ 8፡46, 2ይ ቆሮ 5፡21።
፸ ወበዝንቱ ስብከት ወንጌላዊ ይሜህረነ ጳውሎስ ሐዋርያ እንዘ ይብል ወበከመ ደቂቅ ተሳተፍዎ በሥጋ ወደምም ወከማሁ ውእቱኒ ተሳተፎሙ በዝንቱ ከመ በሞቱ ያብጥሎ ለዘቦቱ እዘዘ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን መስሐቲ ወያግዕዞሙ ለእለ ነበሩ በኮሉ መዋዕለ ሕይወቶሙ ውስተ ድንጋፄ ሞት ወምዉዓን በቅንየት። ዕብ ፪፡፲፬-፲፮።	30 በዚ ትምህርቲ ወንጌል'ዚ ውን ሓዋርያ ጳውሎስ፥ ‹ውሉድ ብነፍስን ብሥጋን ከምዝመሰልዎ፡ ነቲ መስሓቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ ሰይጣን ብሞቱ ምእንቲ ኽኸጥፍኡ፡ ነቶም ብፍርሃት ሞት ምሉእ ዘመኖም ብባርነት ሞት ደኺሞም ዝነበሩ ምእንቲ ኽድኅኖም ብነፍስን ብሥጋን መሰሎም› ክብል የረድእ። ዕብ 2፡14-16።

ዘባስልዮስ ም፡ ፺፮	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፴፩ ወበእንተዝ ዝንቱ ይቤ ከመ ውእቱ ተሳተፈነ በሥጋ ወደምሰ ከመ ሶበ ያበጥል ግብሮ ለሞት ይባልሐነ ወያግዕዘነ እምቅንየቱ ለሰይጣን ለነ እለ ኮነ አግብርተ ለኃጢአት ወባቲ በጻሕነ ኀበ ሞት ወእምኢደለዎ ይትዐገሥ ሞተ ዘእንበለ ዳእሙ ሶበ ተሳተፈነ በህላዌ ወሶበ ኢተሠገወ ወኢተሰብአ እምኢሐመ ቤዛነ እስመ ውእቱ አምላክ ዘአልቦቱ ሥጋ ወኢይቀርብዎ ሕማማት።	31 ስለዚ ድማ ናይ ሞት ግብሩ ኣብ ዘጥፍኣሉ ጊዜ፥ ነቶም ባሮት ኃጢኣት ኮይንና ዝነበረና፡ ብኃጢኣት ውን ሞት ተፈሪዱና ዝነበርና፡ ንኣና ካብ ባርነት ሰይጣን ናዛ ንኽገብረና ብሥጋን ብነፍስን ከምዝመሰለና ተዛረበ። ብባህርይ ምስ ዝመሰለና እዩ እምበር፡ ብዘይ እዚ ሞት ንምቕባል ኣይምበቕዐን ነይሩ። ፍጹም ሰብ እንተ ዘይከውን ውን በቃና ኮይኑ ኣይም ሓመመን ነይሩ። ከመይ ንሱ ሥጋ ኣይነበሮን፡ ሕማም ውን ዘይሰማምየ ኣምላኽ እዩ።
፴፪ ወባሕቱ በዘቦቱ ተሠገወ ቦቱ ሐመ በከመ ሰበከ ለነ ጴጥሮስ ሊቀ ሐዋርያት እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲኣነ በሥጋ ወዘሰ ኢሐማሚ ሶበ ሐመ በሥጋ ነበረ በኢሕማም እስመ ዕውቅ ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ ወአኮ በመለኮት ። ፩ጴጥ ፪፡፳፬።	32 ግና ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ። 'ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ' ክብል ሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ ከም ዝመሃረና። እንተኾነ ግና ሕማም ዘይብሉ ንሱ ብሥጋ ምስ ሓመመ፥ ብመለኮቱ ሕማም ኣይረኸቦን። ከመይ ንሱ ብመለኮት ዘይኮነስ ብሥጋ ከምዝሓመመ ፍሉጥ እዩ። 1ይ ጴጥ 2፡24።
፴፫ ወናሁ ተአምረ ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመለኮት ወዘንተ ይሜህረነ አትናቴዎስ ክቡር ውስተ ማእምራን ወዘበእንተ አእምሮተ ይእቲ ሕይወት ነሥአ ስመ ዘይሄሉ ለዓለም አሠርገወ መንበረ ማርቆስ ወበኵነሂ ለመንፈስ ቅዱስ ኮንክሙ አንትሙ ወራስያኒሁ ይቤ እስመ ሶበ ሐመ ሥጋ ኢኮነ ቃል ርኁቀ እምኔሁ ወበእንተ ዝንቱ ተሐሰበ ሎቱ ሕማማት ወእመኒ በመለኮት ገብረ ግብሮ ለአብ ኢኮነ ሥጋ ፍሉጠ እምኔሁ አላ ዘከመ ሥምረቱ ለአብ ኮነ ይገብር እልክተ ግብራተ በዝኩ ሥጋ አመ ተሰብአ።	33 እንሆ ብመለኮቱ ሕማም ዘይብሉ ከሎ ብሥጋ ከምዝሓመመ ተፈልጠ። ኣብ ፈላማት ዝኸበረ ኣትናቴዎስ ውን ነዚ ይምህረና። ሃይማኖት ስለ ዝመሃረ ንዘለዓለም ዝነብር ስም ዝረኸበ፡ መንበር ሓዋርያ ማርቆስ ዘኽበረ፡ ብሥልጣን መንፈስ ቅዱስ ንሶኻትኩም ወረስቱ ዝኾንኩምሉ ኣትናቴዎስ ውን ከምዚ በለ፥ 'ሥጋ መከራ ምስ ተቐበለ ቃል ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን። ስለዚ መከራ ንቃል ተነግረ። ብኣምላኽነት ናይ **ኣብ** ሥራሕ ኣብ ዝሠርሓሉ ጊዜ፥ ሥጋ ካብ መለኮት ኣይተፈልየን። እኳ ደኣ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ በዚ ሥጋ'ዚ ናይ **ኣብ** ፍቓዱ ብምሓኑ ልውል ኮነ ትሑት ሥራሕ ይሠርሕ ነበረ።
፴፬ በከመ ለሊሁ ይቤ እመሰ ኢይገብር ግብሮ ለአቡየ ኢትእመኑ ወእመሰ አነ እገብር እመ ኪያየ ኢተአምኑ እመኑ በግብርየ ወአእምሩ ከመ አነ በአብ ወአብ ብየ ወሶበኒ ፈወሳ ለሐማተ ጴጥሮስ እምፈጸንታ ሰፍሐ እደዊሁ ጎቤሃ በትስብእት ወበመለኮቱ ፈወሳ	34 ንሱ ባዕሉ 'ነቲ ኣቦይ ዝሠርሖ እንተ ዘይሠራሕኩ ኣይትእመኑኒ፡ እንተ ሠሪሐ ግና ንኣይ እንተዘይኣመንኩም ንሥራሐይ ርኢኹም እመኑ። ኣነ ኣብ **ኣብ** ህልው ከምዝኾንኩ፡ **ኣብ** ውን ኣባይ ህልው ከምዝኾነ ፍለጡ' ከምዝበለ እዩ። ንሓማት ጴጥሮስ ካብ ሕማም ርእሳ ኣብ ዝፈወሳ ጊዜ ውን፥ ሰብ ብምሓኑ ኢዱ

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
እምፈጸንታ ወከማሁ ለዕውርኒ አውጎዘ ሎቱ ምራቀ እምኀ ሥጋ ለገቢረ ጽቡር ወበመለኮቱ ከሠተ አዕይንቲሁ ወበእንተ አልዓዛርኒ ዓዲ ጸርሐ በቃል ሰብአዊ ወበመለኮቱ አንሥአ እምውታን ከመ አምላክ እሉ መንክራት ኮኑ ይትከሠቱ ወይከውኑ እምኔሁ። ማቴ ፰፡፬-፲፮። ዮሐ ፱፡፮-፲፮። ፲፩፡፵፫።	ዘርጊሑ ዳኅሠሣ፡ አምላኽ ብምኁኑ ድማ ካብ ሕማማ ኣሕወያ። ከምኡ ውን ነቲ ዕዉር ጭቃ ንምግባር ካብ ሥጋ ምራቕ ኣርከበ፡ አምላኽ ብምኁኑ ድማ ኣዒንቱ ኣብርሀ። ብዛዕባ ኣልዓዛር ውን በቲ ሰብ ዝዛረበሉ ልሳን 'ኣልዓዛር ኣልዓዛር' ክብል ዓው ኢሉ ጸውየ፡ አምላኽ ብምኁኑ ድማ ብሥልጣኑ ካብ ሞት ፈልዩ ኣተንሥኦ። እዞም ተኣምራት እዚኣቶም ካብኡ ተረኺቦም ብእኡ ይግለጹ ነበሩ። ማቴ 8፡4-16። ዮሓ 9፡6-16። 11፡43።
፶፩ አኮ በምትሐት ዘኮነ ሥግው አላ እሙነ እንዘ ሥግው በሥጋ ሰብአዊ ደለዎ ለእግዚእ ይትዐገሥ ኵሎ ዘይደልዎ ለሥጋ ዘእንበለ ኃጢኣት እመሰ ይትበሀል ከመ ውእቱ ተሠገወ ከማሁ ሎቱ ይትኄለቍ ሕማመ ሥጋ እንዘ ኢይቀርቦ ሕማም ወለእመኒ ኮነ ሥጋ ዘካልእ ወአኮ ዘዚአሁ እምኢተኄለቁ ሕማም ኀበ ዝኩ ወእመሰ ሥጋ ውእቱ ዘበቃል ወቃል ሥጋ ኮነ ያጌብሮ ሕማመ ሥጋ ይትሐሰብ ሎቱ ለዝንቱ ዘዚአሁ ሥጋ ወኮነኔ ሕማማትሂ ዘረከቦ ዝንቱ ውእቱ ጽርፈት ጽምእ ስቅለት ወሞት ዘምስለ ኵሉ ሕማማተ ሥጋ።	35 ሰብ ዝኾነ ብሓቂ እምበር ብሓሶት ኣይኮነን። ናይ ሰብ ሥጋ ተዋሒዱ ውን ብዘይካ ኃጢኣት ኵሉቲ ንሥጋ ዝግባእ ናቱ ምግባር ንጐይታ ተገብኦ። 'ሰብ ኮነ' እንተተባህለ ከምኡ ብባህሪኡ ሕማም ዘይብሉ እንከሎ፡ ናይ ሥጋ ሕማም ከም ናቱ ይንገረሉ። ሥጋ ናይ ካልእ ገንዘብ ኮይኑ ናቱ ገንዘብ እንተ ዘይከውን ነይሩ፡ ሕማም ንቃል ኣይምተነግረን ነይሩ። ከመይ ሥጋ ናይ ቃል ገንዘብ ካብ ኮነ፡ ቃል ውን ሥጋ ካብ ኮነ ግና ገንዘቡ ንዝኾነ ቃል ናይ ሥጋ ሕማም ክንገረሉ ይግባእ። ዝበጽሖ ናይ መከራ ፍርዲ ማለት ጸርፊ፡ ጽምኢ፡ ስቓለት፡ ሞትን ምስ ኵሉ መከራ ሥጋን እዚ እዩ።
፶፪ ወከማሁ ንብል ከመ መድኃኒት ወጸጋ ዘዚአሁ ወበእንተዝ ኢይደሉ ንክፍሎ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ድኅረ ተዋሕዶ ከመ ኢናመክኒ ወኢናበጽሕ ሕማመ ለመለኮት ዘኢያሐምም ወእንዘ ንትአመን ንብል ከመ ፭ዱ ውእቱ ሥግው ወንትሉ ትምህርተ መጻሕፍተ ክህነት እንተ ታአምን ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ እንዘ ነአምር ጥዩቀ እስመ ሕማማት ኢትትገሐሥ እምኀ ሥጋ ሐማሚ ወኢይትገሐሥ መለኮት ዘኢያሐምም አላ ዝኩ ዘኢያሐምም ተዋሕደ በሥጋ ዘየሐምም ወበዘይደልዎ ሕማማት ቦቱ ሐመ ወአኮ በመለኮተ ዚአሁ።	36 ምድኃንን ጸጋ ምሃብን ገንዘቡ ከም ዝኾነ ንዛረብ። ስለዚ ኽኣ ድኅሪ ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ክንከፍሎ ኣይግባእን። ኣመኽኒና ነቲ ዘይሓምም መለኮት ሕማም ንከይንዛረብ፡ ኣሚንና ውን ሰብ ዝኾነ ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ። ሕማም ካብ ሓማሚ ሥጋ ከምዘይፍለ፡ ዘይሓምም መለኮት ውን ካብ ሥጋ ከምዘይፍለ ብግልጺ ብርዱእ ፈሊጥና፡ ብሥጋ ከምዝሓመመ እተእምን ነታ ትምህርቲ መጻሕፍተ ክህነት ንኃዝ። ሕማም ካብ ሓማሚ ሥጋ ስለዘይፍለ፡ እዚ ዘይሓምም መለኮት ንዝሓምም ሥጋ ተዋሒዱ ብመለኮቱ ዘይኮነስ ቦቲ ሕማም ዝግብኦ ሥጋ ደኣ ሓመመ።

ዘባስልዮስ ም፡ ፻፲	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፴፯ በከመ መሀረነ ቅዱስ በውስተ ሊቃውንት ወአምላካዊ በጽዋዔ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ወለእመ ኮነት ዛቲ ሃይማኖተ ሊቃውንት እለ እምቅድሜነ እለ የዐቅቡ ሕገ እግዚአብሔር ወይትአመኑ በዘሐመ በሥጋ በእንቲአነ ወእፎመ የሐምዩነ ሰብእ እንዘ ይብሉ ከመ ንሕነ ናበጽሕ ሕማማተ ለመለኮት።	37 ከምቲ እቲ ብትምህርቱ ዝጠቅም፡ ኣምላኽ ዝኃደሮ ኣብ መንጎ ሊቃውንቲ ክቡር ሊቀ ጳጳሳት ቄርሎስ ዝመሃረና፡ ሃይማኖት ናይቶም ቅድሜና ዝነበሩ ሕጊ እግዚኣብሔር ዝሕልውን፡ ቡቲ ምእንታና ብሥጋ ዝሓመሞ ብእኡ ዝኣምኑን ሊቃውንት፡ እዚኣ ካብ ኮነት፡ ስለምንታይ ‹ንሕና መለኮት ብባህሪኡ ሓመመ› ከም እንብል ጌሮም ሰባት ይነቕፉና፤
፴፰ ወንሕነሰ ይእዜ እምስምዐ አበው ቅዱሳን ንከሥት ወናጤይቅ ከመ እለ ይከፍልዎ ለአማኑኤል ጎበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ እሙንቱ እለ የሐምምዎ ለመለኮት እንዘ ይፈርሁ ጎበ አልቦቱ ፍርሃት ወበዝንቱ ክፍላት ይትገሐሡ ጎበ አምልኮተ ሰብእ።	38 ንሕና ግና፡- እቶም ‹መለኮት ሓመመ› ዝብሉ ንሳቶም ቡቲ ዘየፍርሕ ፈሪሑም፡ ድኅሪ ተዋሕዶ ንኣማኑኤል ናብ ክልተ ባህርያት ከምዝኸፍልዎ፡ ብምስክርነት ቅዱሳን ኣቦታት ገሊጽና ንዛረብ ኣሎና። በዚ ዝኸፋፍልዎ ድማ ናብ ዕሩቕ ብእሲ ምምላኽ ይበጽሑ።
፴፱ ወንሕነሰ እለ ርቱዓን በዐቅምነ ነአምን በአምላክ ቃል ባሕቲቱ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ወውእቱ ክመ ውእቱ ወውእቱ ከመ ኮነ ሥጋ በእንቲአነ ወበሥጋ ዚአሁ ተወካፈ ሕማማት ውእቱ።መዝ ፻፪(፻፩)፡ ፳፯።	39 እቶም ‹ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ› ንብል ንሕና ግና ከምቲ መጠን ኣእምሮና፡ እግዚኣብሔር ቃል ብፍሉይ ኣካሉ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ንሱ ኮሉ ጊዜ ንሱ ከምዝኾነ፡ ስሌና ሥጋ ከምዝኾነ፡ ቡቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን መከራ ከምዝተቐበለ ንኣምን። መዝ 102 (101)፡27።
፵ ወአግናጥዮስሂ ክቡር ለባሴ እግዚአ ብሔር ይቤ በውስተ መልእክቱ ጎበ ሮሜ ጎድጉኒ እትመሰል በሕማማት አምላኪየ ወቅዱስኒ አትናቴዎስ አፈ በረከት ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ስቅለት ከመ አይሁድ ተቃጸብዎ ለእግዚእነ ወይቤልዎ እመሰ ወልደ እግዚአብሔር አንተ ረድ እምነ መስቀልከ ። መዝ ፹፪(፹፩)፤ ፯-፰። ማቴ ፳፯፡፵።	40 እግዚኣብሔር ዝኃደሮ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ውን ናብ ሮማ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፡ 'ንፈጣርየይ ብመከራ ኾኽመስሎ ጎደጉኒ' በለ። ኣፈ በረኾት ቅዱስ ኣትናቴዎስ ውን፡ 'ኣይሁድ ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ደኣ ኼንካሲ ካብ መስቀል ውረድ' ኢሎም ንጕይታና ከምዝተሣለቑሉ ጠቒሱ፡ ነገረ ስቕለት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ። መዝ 22(21)፡7-8። ማቴ 27፡40።
፵፩ ወመድኃኒነሰ ዘውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ኢፈርሀ እምነ ሞት ወባሕቱ ጸንዐ ሎቱ ወበዝንቱ ኬዶ ለሞት እስመ እሙር ከመ ወልደ እግዚአብሔር ሕይወት ውእቱ ወእምክህለ ይረድ እምዲበ መስቀል እስመ መንሥኢሆሙ ለሙታን ውእቱ ወዳእሙ ርቱዕሰ እመርሐ ከመ ውእቱ	41 ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ መድኃኒና ግና ንሞት ኣይፈርሐን፡ እኳ ደኣ ተቓወሞ። በቲ ጽንዓቱ ውን ንሞት ኣጥፍኡ። ከመይ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ ሕይወት ከምዝኾነ ፍሉጥ ስለዝኾነ። ነቶም ዝሞቱ ዘተንሥኦም ንሱ እዩ እሞ ካብ መስቀል ክወርድ ምኽኣለ ነይሩ እዩ። እንተዝወርድ

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፮	ዘባስልዮስ ም፡ 96
ጐየ እምነ ሞት ወጽንዐቱሰ ኢይ መርሕ ኀበ ካልእ ወኢምንትኒ እንበለ ዳእሙ ከመ ሕይወት ዘለዓለም። ዮሐ ፫፡፲፬-፲፰። ፲፭፡፳፬።	ካብ ሞት ከምዝሃደመ መርኣየ ነይሩ። እቲ ጽንዓቱ ግና ብዘይካ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምኻኑ እንተዘይኮይኑ ናብ ካልእ ምንም ኣይመርሕን እዩ፡ ኣየርኣየን፡ ዮሓ 3፡14-18። 11፡24።
፶፪ ወቅዱስኒ ባስልዮስ ክቡር በውስተ መምህራን ከመ ዘበእንተ ትምህርቱ ይረብሕ መንግሥተ ሰማያት ተሰምየ በስመ መንግሥት ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ቦሊጣ ሰማዕት እንዘ ይትአመን በእግዚእ ክርስቶስ ከመ ፭ዱ ውእቱ ወከመ ቦቱ ግብር ልዑላት ወትሑታት እንዘ ይብል በእንቲኣነ ኮነ እግዚአብሔር ማዕከለ ሰብእ በእንተ ሥጋ ብሉይ ኮነ ቃል ሥጋ ወኃደረ ላዕሌነ አግአዚሆሙ ለፂውዋን ተጐለቁ ምስለ ዐማጽያን ፀሐየ ጽድቅ ሠረቀ ለእለ ይነብሩ ውስተ ጽልመት ኢሐማሚ በዲበ መስቀል ሕይወት በውስተ ሞት ብርሃን በውስተ ሲኦል ትንሣኤ ኀበ እለ ወድቁ። መዝ ፹፰(፹፯)፡፫-፯። ኢሳ ፱፡፪። ፶፫፡፲-፲፪። ዮሐ ፩፡፲፬። ፩ጴጥ ፪፡፳፩።	42 ኣብ መንጎ መምህራን ክቡርን፡ በቲ ትምህርቲ መንግሥቲ ሰማያት ስለዘውርስ 'ንጉሥ' ተባሂሉ ዝተጸውዐን ቅዱስ ባስል ዮስ ድማ ብዛዕባ'ቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከም ዝኾነ፡ ልዑል ኮነ ትሑት ሥራሕ ገንዘቡ ከምዝኾነ ኣሚኑ ዝመስከረ፡ ብዛዕባ ሰማዕት ቦሊጣ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ 'እግዚኣብሔር ምእንታና ኣብ መንጎ ሰብ ተገልጸ። ነቲ ብሉይ ሥጋ ንምሕዳስ እቲ ቃል ሥጋ ኮነ፡ ባህርይና ውን ገንዘብ ገበረ። እቲ ነቶም ብኃጢኣት ዝተማረኹ ናፃ ዘውጽኦም ምስ በደለኛታት ተቈጽረ። ነቶም ኣብ ውሽጢ ጸልማት ዝነብሩ ሰባት ሓቀኛ ፀሐይ ወጸሎም። እቲ ዘይሓምም ኣብ መስቀል ሓመመ። እቲ ባዕሉ ሕይወት ዝኾነ ሞተ። ብርሃን ኣብ ሲኦል ተገልጸ። ነቶም ዝተቐብሩ ዘተንሥእ ንሱ ምስቶም ምውታት ተቈጽረ። መዝ 88 (87)፡3-7, ኢሳ 9፡2, 53፡10-12, ዮሓ 1፡14, 1ይ ጴጥ 2፡21።
፶፫ ወኅርኅርዮስኒ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ እንዚናዙ ይቤ በውስተ መልእክቱ ኀበ አቅላንድዮስ እንዘ ይትአመን ከመ እግዚአብሔር ሐመ ወተሰቅለ እመቦ ዘኢይሰግድ ለዘተሰቅለ ውጉዝ ለይኩን ወይትኀለቀኑ ምስለ ሰቃልይያነ አምላክ	43 ናይ ሃገረ እንዚናዙ ኤጲስቆጶስ ኅርኅርዮስ ኸኣ ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ 'እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋ ከምዝሓመመን ከምዝተሰቐለን ኣሚኑ፡ ነቲ ዝተሰቐለ ዘይሰግድ እንተሎ ውጉዝ ይኹን፡ ምስቶም ሰቐልቲ ኣምላኽ ውን ይቈጸር' በለ።
፶፬ ወዓዲ ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ፋሲካ ፈቀደ ከመ ይሠጎ እግዚአብሔር ወይሙት ከመ ንሕየው ንሕነ ሞትነ ምስሌሁ ከመ ነህሉ ምስሌሁ ተንሣእነ ምስሌሁ እስመ ሞትነ ምስሌሁ ተሰባሕነ ምስሌሁ እስመ ተንሣእነ ምስሌሁ ብዙኃት መንክራት እማንቱ እለ ኮና ህየ አምላክ እንዘ ይሰቀል ወፀሐይ ይጸልም ወእምዝ ይበርህ ይደሉ ከመ ይሕምሙ ፍጡራን ምስለ ፈጣሪሆሙ ። ኢሳ ፲፫፡፭። ሉቃ ፳፫፡፵፬። ሮሜ ፮፡፫-፱።	44 ደጊሙ ኣብቲ ብዛዕባ ፋሲካ ዝተናገረሉ ድርሳኑ ውን፥ ንሕና ንክንድጎን እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ኽመውት ፈተወ። ምስኡ ኀኺንነብር ምስኡ ሞትና፡ ምስኡ ስለዝሞትና ኸኣ ምስኡ ተንሣእና፡ ምስኡ ስለዝተንሣእና ድማ ምስኡ ከበርና። ኣምላኽ ክስቀል ከሎ ሸዑ ጊዜ ዝተገብሩ ተኣምራት ብዙኃት እዮም፥ ፀሓይ ክጽልምት ደኃር ከኣ ክበርህ፡ እቶም ፍጡራን ምስ ፈጣሪኦም ክሓሙ ይግባእ እዩ። ኢሳ 13፡1። ሉቃ 23፡44። ሮሜ 6፡3-9።

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፴፭ ወቅዱስ ዮሐንስ አፈ ወርቅ እንዘ ይትአመን ከመ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ወሐመ በሥጋሁ እንዘ እግዚአብሔር ኢሐማሚ ወይቤ እስመ ዝኩ ዘኢይ ትአመር ወዘኢይትረከብ ወዘኢያስተርኢ ቀዳማዊ ዘቦቱ ስብሐት ዘኢይትነገር ወዘኢየኀልቅ ብርሃን ወኢየኀልፍ ክብሩ እንዘ ባዕል ነድየ ሶበ ኮነ ሰብአ ተኰነነ ወተሰቅለ ወነሥረ ብዙኀ።	45 ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ውን፥ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነን ዘይሓምም ኣምላኽ እኳ እንተኾነ ሰብ ብምኻኑ ከምዝሓመመን ኣሚኑ ከምዚ በለ፥ 'ዘይፍለጥ ዘይምርመር ዘይርአ ብቕድምና ዝነበረ ዘይንገር ጐይትነት ዘለዎ፡ ብርሃኑ ዘይፍለ ክብሩ ዘይፍጸም ናይ ባህርይ በዓል ጸጋ ክኸውን ከሎ ሰብ ኮነ። ሰብ ምስ ኾነ ውን ንሞት ተፈርደ፡ ተሰቐለ፡ ብዙኀ ጊዜ ውን መከራ ተቐበለ።
፴፮ ወቅዱስኒ ኤራቅሊስ ዘአሠርገዋ ለሀገረ ንጉሥ ይቤ በድርሳኑ በእንተ ልደት ዘክርስቶስ በሥጋ እንዘ ውእቱ ክመ በሕፅነ አቡሁ ተሐቅፈ በሕፅነ እጓለ እመሕያው እንዘ ሀሎ በመዝራዕተ እሙ ለሊሁ ይጼወን ዲበ ኪሩቤል ወይሠርር በክነፈ ነፋስ ዘይሰግዱ ሎቱ መላእክት ረፈቀ ምስለ እጓለ እመ ሕያው።ሉቃ ፪፡፬-፴፪። ማር ፪፡፲፪።	46 ነታ ናይ ንጉሥ ሃገር ቅኑስጥንጥንያ ብትምህርቲ ዘወቀባ ቅዱስ ኤራቅሊስ ኸኣ ብዛዕባ 'ልደተ ክርስቶስ ብሥጋ' ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ኵሉ ሳዕ ኣብ ማዕርነት ኣቦኡ እንከሎ፡ ብቅልጽም ሰብ ተታጎዘ። ኣብ ሕቑፊ ኣደኡ ከሎ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ይነብር፡ ብምልኣት ውን ይነብር። እቲ መላእኽቲ ዝሰግዱሉ ምስ ኃጥኣን ምስ መጸብሓን በልዐን ሰተየን ። ሉቃ 7፡35-36። ማር 2፡16።
፴፯ ሱራፌል ኢይሬእይዎ ወጲላጦስ ይሴአሎ ገብር ይዘብጦ ወፍጡራን ይርዕዱ እምኔሁ ዲበ መስቀል አዕ ረግዎ ወኢዐርቀ እምኔሁ መንበሩ ። ማር ፲፬፡፷፩። ፲፭፡፪።	47 ሱራፌል ኣይረኣይዎን። ጲላጦስ ግና ብዳንነት ሓተቶ፡ እቲ ኣገልጋሊ ጸፍዮ፡ ፍጡራን ግና ብእኡ ይርዕዱን ይንቅጥቀጡን። ናብ መስቀል ኣደየብዎ፡ ጐይትነቱ ግና ካብኡ ኣይተፈልየን። ማር 14፡65። 15፡2።
፴፰ ወመዋሢሰ ቅዱስ በውስተ መምህራን ወመጋቢ ለነገረ ኵሎሙ ሳዊሮስ ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ንባበ ሰብአ ምትሐት ወአምሳል ንሕነሰ ኢንፈልጦ ለቃል እምዝንቱ ተወካፌ ሕማማት ወኢንብል ከመ ብእሲ ፍሉጥ እምኔሁ ወመድኃኒትኒ ወሕማማት አኮ ዘእግዚአብሔር እመ አኮሰ እምዝየ ይከውን መድኃኒት ለሰብእ ባሕቲቱ።	48 ኣብ መንነ መምህራን ክቡር፡ ተከራኺሩ ዝረትዕ፡ ንኵሎም መምህራን ብትምህርቲ መጋቢ ዝኾነ ሳዊሮስ ውን፥ ብዛዕባ ኣዘራርባ እቶም ምትሓት ኣምሳል ዝብሉ ሰባት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ 'ንሕናስ ንቃል ካብዚ ሕማም ዝሰማምየ ሥጋ ኣይንፈልዮን ኢና፡ ሥጋ ውን ካብ ቃል ዝተፈልየ እዩ ኣይንብልን። ሓሚምካን ሞይ ትካን ምድኃን ውን ገንዘብ እግዚኣብሔር ኣይኮነን ኣይንብልን። እዚ እንተኾይኑ ኸኣ እሞ ምድኃን ብዕሩቕ ብእሲ እዩ ዝኸውን።
፴፱ አጽንዕ ልቡናከ በእንተ እግዚአብሔር ዘኢየሐምም ወበል ንግር ወኢትደንግፅ አንተ ድውይ ከመ ትበል እስመ እግዚአብሔር ሐመ ንሕነሰ ንኄልቀሉ ሎቱ ሕማመ እንዘ ውእቱ ውዑእ እምኮሉ ሕማማት በህላዌሁ።	49 በቲ ሕማም ዘይሰማምየ እግዚኣብሔር ልብኻ ኣጽንዕ። ተዛረብን ንገርን። ብደዌ ነፍስ ዝተተኃዝካ ኣንታ ድዉይ! እግዚኣብሔር ሓመመ ንምባል ኣይትጠራጠር። ንሕና ግና ብባህሪኡ ሕማም ዘይሰማምየ እንከሎ፡ ነቲ ሕማም ንእኡ ንዛረበሉ ኣሎና።

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፶ ዝኩ ዘኢይትዌከፍ ሕማማተ ተዐገሠ ሞተ በሥጋ ዘከመ ሐፂን ሶበ ይትወደይ በእሳት ይልህብ በላህቡ እስከ ይትሔለይ ከመ ኮለንታሁ እሳት ወይሰፋሕ ዲበ መስፍሕ አመ ይዘበጥ በሴፈልያ ወኢየሐምም ህላዌሁ ለእሳት ግሙራ እንዘ ውእቱ ይትዋሐድ ምስለ ሐፂን ወኢይትፈለጥ እምኔሁ ዳእሙ ይዘበጥ ወይገርር ለዝብጠት ዕፁብ እንዘ ኢይበጽሖ ሕማም ከመዝ ለቡ ሕማማቲሁ ለእግዚእ መድኅን።	50 ሕማም ዘይሰማምየ ንሱ ብሥጋ ንሞት ተዓገሠ። ሓፂን ኣብ ሓዊ ምስ ኣተወ፥ ኮለንትናኡ ሓዊ ኮይኑ ተባሂሉ ክሳዕ ዝሕሰብ ብዋዕየ እሳት ከምዝረስን፥ ብመዶሻ ኣብ ዝተወቕዓሉ ጊዜ ብወጸቃ ከምዝሰሓብ፥ እቲ ሓዊ ውን ምስቲ ሓፂን ተዋሒዱ ከሎ ፈጺሙ ንሱ ከም ዘይውቃዕን ካብቲ ሓፂን ከምዘይፍለን፥ እንተኾነ ግና ኃይሊ መዶሻ ከይረኸቦ ከምዝውቃዕ፥ ንመዶሻ ኸኣ ከምዝወሀብ፥ ከምኡ ድማ ናይ ዘድኅን ጐይታ ሕማም ከምዚ ከምዝኾነ ፍለጥ።
፶፩ ወእምዝንቱ ኀዳጥ አምሳል ፍጹመ ንንሣእ ትእምርተ መስፈርት ወቃለ እግዚአብሔር ተዋሐደ በሥጋ ዘይትዌከፍ ዘንተ መከራ ወሕማማተ እስመ ሶበ ጥዕመ ሞተ ሠዐሮ በትንሣኤሁ አምላካዊ እምድኅረ ሠሉስ መዋዕል ወበተቀብሮተ ሥጋሁ ውስተ መቃብር አጥፍአ ለነ ሙስና ዘውስተ መቃብር ወመልሐ እምሥርዉ ወትእ ምርተ ዝንቱ እስመ ሥጋ ብዙኃን እምቅዱሳን ነቅሐ ወተንሥኡ ። ማቴ ፳፯፣፶፪-፶፫።	51 በዚ ንእሽቶ ምሳሌ፥ ብናይ ሓፂንን ሓውን ተዋሕዶ ምልክትነት ነቲ ፍጹም ተዋሕዶ ንፍለጥ። እግዚኣብሔር ቃል ውን ነዚ መከራን ሕማምን ዝቐበል ሥጋ ተዋሒዱ ኣብ ዝሞተሉ ጊዜ፥ ድኅሪ ሠለስተ መዓልቲ በቲ ኣምላኽነቱ ዝተገ ልጸሉ ትንሣኤኡ ንሞት ኣጥፍኡ። ኣብ መቓብር ሥጋኡ ብምቐባሩ ውን ኣብ ውሽጢ መቓብር ዝነበረ ምፍራስን ምብስባስን ኣጥፍኣልና፥ ካብ ሙሩ ውን ነቐሎ። ነዚ ዘረድእ ድማ ካብቶም ቅዱሳን ብዙኃት ሰባት ተንሥኡ። ማቴ 27፡22-54።
፶፪ ወመለኮትሰ ኮነ ኮለንታሁ ይትዋሐድ ምስለ ነፍስ ወዓዲ ኮለንታሁ ይትዋሐድ ምስለ ሥጋ እስመ ውእቱ ፍጹም ወኢኮነ ሕጹጸ ወሶበ ወረደት ነፍሱ ውስተ ሲኦል ፈትሐት ነፍሳተ እለ ሙቁሓት ህየ ወበከመ ቃለ ነቢይ ይቤሎሙ ለሙቁሓን ፃኡ ወለእለኒ ውስተ ጽልመት አስተርእዩ። ኢሳ ፵፱፣፱።	52 መለኮት ግና ኮለንትናኡ ካብ ነፍሲ ኣይተፈልየን፥ ከምኡ ውን ኮለንትናኡ ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን። ከመይ ንሱ ምሉእ ስለዝኾነን ስለዘይውሰንን። ነፍሱ ናብ ሲኦል ኣብ ዝወረደትሉ ጊዜ፥ ነቶም ኣብኡ ተኣሲሮም ዝነበሩ ነፍሳት ፈትሐት። ነቢይ ከምዝበሎ፥ ንእሱራት ውጹ፥ ኣብ ውሽጢ ጸልማት ዘለዉ ውን ተገለጹ በሉም። ኢሳ 49፡9።
፶፫ ወሶበ ተንሥአ ዐርገ ውስተ ሰማያት ወዘኒ ወረደ እንበለ ሥጋ ውእቱ ዘዐርገ ሥግው ወፅዱ ውእቱ ዘእም ቅድስት ሥላሴ ወኢወሰከ ጕልቈ ራብዐየ ወኢካልእ ገጸ ወኢህላዌ ወነበረ በየማነ አብ ከመ በዝንቱ ናእምር ወንለቡ ዕሪና ክብሩ ወመንግሥቱ ። ዮሐ ፫፣፲፪-፲፫ ። ኤፌ ፬፣፲።	53 ምስ ተንሥኣ ውን ናብ ሰማይ ዓረገ። እቲ ሥጋ ከይኃዘ ዝወረደ፥ ንሱ ሥጋ ተዋሒዱ ዝዓረገ እዩ። ሓደ ኣካል ካብ ሠለስተ ኣካላት ንሱ እዩ። ራብዓይ ቀጽሪ፥ ካልኣይ ገጽ፥ ካልኣይ ባህርይ፥ ካልኣይ ኣካል ኣይወሰኸን። በዚ ኸኣ ነቲ ሓድነት ክብሩን መንግሥቱን ንኽንፈልጥ ኣብ ማዕርነት ኣብ ተቐመጠ። ዮሓ 3፡12-19። ኤፌ 4፡10።

ዘባስልዮስ ም፡ ፶፭	ዘባስልዮስ ም፡ 96
፶፬ ወማር ኤፍሬምሂ ሶርያዊ መምህር ቅዱስ አመረነ ወይቤ ከመ እግዚአብሔር ኢሐማሚ በህላዌሁ ወሰብእሰ ዕራቁ እምኔሁ ወቦቱ ኢይደሉ ከመ ይድኃን ዓለም እንበለ ዳእሙ ዘጎብረ እምፍቱ ህላዌያት መለኮት ወትስብእት በተዋሕዶ እሙን ውእቱ ፩ዱ ክመ አድኅነ ፍጡራነ።	54 እቲ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ሶርያዊ መምህር ቅዱስ ኤፍሬም ውን፥ 'እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ዘይሓምም እዩ፡ ሰብ ግና ኣምላኽነት ዘይብሉ እዩ፡ ብእኡ ውን ንዓለም ከድኅን ኣይክእልን እዩ። እቲ ካብ ክልተ ባህርያት መለኮትን ትስብእትን ብሓቀኛ ተዋሕዶ ሓደ ዝኾነ ንሱ በይኑ ደኣ ንፍጥረት ኣድኃነ እምበር' ክብል ኣረድኣና።
፶፭ ወካዕበ ይቤ ይትሜሰል ወልድ ብዕ ንቁ ባሕርይ እንተ ይእቲ በአማን ኮለንታሃ ብርሃን ይትሜሰል ሥጋሃ በሥጋሁ ወብርሃና በመለኮቱ ወኢ ይከፍላ ገባሪ እስመ ሥጋሃ ወብርሃና ፩ዱ ውእቱ።	55 ደጊሙ ውን፥ ወልድ ነታ ኮልንትናኣ ሓቀኛ ብርሃን ዝኾነት ዕንቁ ባህርይ ይምሰል። ኣካላ ብሥጋኡ፡ ብርሃና ድማ ብመለኮቱ ይምሰል። ኣካላ ምስ ብርሃና ከምኡ ውን ብርሃና ምስ ኣካላ ሓደ ስለ ዝኾነ ኣንጠረኛ ኣይከፍላን እዩ' በለ።
፶፮ ወቅዱስኒ ዘተውህቦ መዝገበ መንፈስ ቅዱስ ማሪ ያዕቆብ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ሥሩግ ይቤ በድርሳኑ በእንተ ስቅለቱ ለእግዚአብሔር እንዘ ይትአመን በክርስቶስ ከመ ውእቱ ፩ዱ ክመ በመለኮት ልዑል ወበትስብእት ትሑት ወበትሕትናሁ ተመሰለ ብነ እንዘ አማኑኤል ኮለንታሁ አምሳለ አቡሁ በስብሐት ዓቢይ ተመሰለ ኪያነ ወተደመረ ብነ ወኮነ እምኔነ ወረደ ከመ ያዕርገነ ኀበ ሀገሩ አርያማዊ ኀበ ሀሎ ወላዲሁ።	56 ሃብተ መንፈስ ቅዱስ ዝተዋህቦ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ዝኾነ ናይ ሃገረ ሥሩግ ኤጲስቆጶስ ያዕቆብ ውን፥ ክርስቶስ ብልዑል መለኮት፡ ብትሑት ትስብእት ውን እንተኾነ ሓደ ጥራይ ከምዝኾነን ሰብ ብምኻኑ ውን ንኣና ከምዝመሰለን ኣሚኑ ናይ ጐይታና ነገረ ስቓለቱ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ 'ኣማኑኤል ኮለንትናኡ ብፍጹም ጐይትነት ከም ኣቦኡ ክኸውን ከሎ፡ ንኣና መሲሉ ናትና ባህርይ ተዋሒዱ ካብ ባህርይና ተረኽበ። ናብቲ ኣቦኡ ዘለዎ ሰማያዊ ሃገሩ ኀኸዕርገና ሰብ ኮነ።
፶፯ ወሶበ ኢጸለየ ለአቡሁ እምኢተመሰለ ኪያነ ወእመኒ ጸለየ ኮለንታሁ ምስለ አቡሁ ወብነኒ ተመሰለ ወጸለየ ከመ ናእመር ከመ ውእቱ ኮነ እምኔነ ወተወካፌ ጸሎትነ ውእቱ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ። ሉቃ ፳፪፡ ፵፪-፵፮። ዮሐ ፲፬፡፲፫።	57 ናብ ኣቦኡ እንተዘይጸሊ ነይሩ ንኣና ኣይምመሰለን ነይሩ። እንተ ጸለየ ውን ኮለንትናኡ ምስ ኣቦኡ እዩ። ንኣና ውን መሰለ። ካባና ወገን ከምዝኾነ ኀኸንፈልጥ ጸለየ። ንሱ ምስ እብን መንፈስ ቅዱስን ጸሎትና ዝቕበል እዩ። ሉቃ 22፡47-47። ዮሓ 14፡13።
፶፰ ኦ ክቡራን ዝተመስገንኩም ኣኀዋትና! ሕጂ ውን ነዚ ቅዱስ ሰብነትኩም እንሆ ንሕና ብፍቕርን ብመንፈሳዊ ዝምድናን ነታ ኣቦታትና ዝኣመንዋ ጽንዕቲ ነገረ ሃይማኖት ኣቕኒዕና ጸሓፍናልኩም ንብል ኣሎና። ከምቲ ንሕና ኣቕኒዕና ዝጸሓፍናልኩም፥ ንሸኻትኩም ከም	58 ኦ ክቡራን ዝተመስገንኩም ኣኀዋትና! ሕጂ ውን ነዚ ቅዱስ ሰብነትኩም እንሆ ንሕና ብፍቕርን ብመንፈሳዊ ዝምድናን ነታ ኣቦታትና ዝኣመንዋ ጽንዕቲ ነገረ ሃይማኖት ኣቕኒዕና ጸሓፍናልኩም ንብል ኣሎና። ከምቲ ንሕና ኣቕኒዕና ዝጸሓፍናልኩም፥ ንሸኻትኩም ከም

ዘባስልዮስ ም፥ ፶፯ ፥ ዘቆዝሞስ ም፥ ፶፯	ዘባስልዮስ ም፥ 96 ፥ ዘቆዝሞስ ም፥ 97
ዘከመ አርታዕነ ንሕነ ወአኮ በቃል ባሕቲቱ ዘትነብቡ አላ በምግባርኒ ወበአመክሮኒ አእመርክሙ ርትዕተ ወተአኀዎ ሐዋርያዊተ።	እትኣምኑ ንሕና ንኣምን ኢና። ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትን ካብ ሓዋርያት ተተኃኒዛ ዝመጸት ጎውነትን፥ ብግብርን ምርምርን ፈሊጥኩም እምበር ብቓል ጥራይ ክትዛረቡ ኣይኮነን።
፶፱ ወበከመ እለ ተወልዱ እምሥጋ ወደም ሎሙ ዕሪና ትዝምድ አመ ተዐረዩ በበይናቲሆሙ ይትፋቀሩ ጥቀ እስመ ፍጥረት ውዑይ ደማዊ የሀውኩሙ ወያልህቦሙ ከመ እሳት ይትፋቀሩ በበይናቲሆሙ።	59 ናይ ዝምድና ሓድነት ዘለዎም ሥጋዊ ልደት ዝተወልዱ ሰባት፥ በቲ ዘለዎም ናይ ዝምድና ሓድነት ንሓድሕዶም ኣብ ዝፈላለዩሉ ጊዜ ፈጺሞም ይፋቐሩ እዮም። ምኽንያቱ እቲ ውዑይ ደማዊ ተፈጥሮኦም ስለዘለዓዕሎምን ነሓድሕዶም ኽንፋቐሩ ከም ሓዊ ስለዝበልያምን እዩ።
፷ ወለእመ ኮነት ተአኀዎትነ መንፈሳዊተ ወመንፈስ ቅዱስ ላዕሌነ ወጥንታዊ በመንፈስ ቅዱስ ትትፈጸም ወትፈጸም ለነ ዘንተ ኮሎ ፍሬያተ ርሕቀተ ሀገርኒ ወተራሕቆተ ገጻት ኢይከልአነ ፍቅረ ከመ ኢናኀብር ወልጡተ ሥርዐት ዘሥጋት።	60 ዝምድናና መንፈሳዊ ካብ ኮነት፡ መንፈስ ቅዱስ ኃዲሩና ካብ ሃለወን ብመንፈስ ቅዱስ ተጀሚራ ብመንፈስ ቅዱስ እትፍጸም ካብ ኮነትን፥ ኮሉ ትሩፋት እተሥርሓና ካብ ኮነት፡ ሥጋዊ ሥርዓት ንምልዋጥ ምእንቲ ከይንምሃር እቲ ናይ ሃገር ርሕቀት ኮነ ናይ ኣካላት ምፍልላይ ንፍቐሪ ኣይዓግተናን እዩ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፶፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 97 ክፍሊ 1**
፩ እመልእክተ አብ አቡነ ቆዝሞስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ኀበ አቡነ ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ አውሥኦተ መልእክቱ ኀቤሁ ነአምን በ፩ዱ አምላክ አብ አኃዜ ኮሉ ወበወልዱ ዋሕድ ዘተወልደ እማርያም እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ቃሉ ዘይሳተፎ በብሉየ መዋዕልና ወበቅድምና ወበመንፈስ ቅዱስ ዘወፅአ እምአብ ዘይሰገድ ወይሴባሕ ምስለ አብ ወወልድ ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ቆዝሞስ፥ መልሲ ናይቲ ዝለኣኽሉ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ ባስልዮስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥ ንኮሉ ብዝፈጠረ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን። ብቀዳማዊነትን ዳጎራዊነትን ብዝመዓራረዮ ኣካላዊ ቃሉ፡ ካብ ድንግል ማርያም ብዝተወልደ ሓደ ወዱ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን። ካብ **አብ** ብዝሠረፀ ምስ አብን ወልድን ዝምስገንን ዝስገደሉን ብመንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን።
፪ ሥሉስ ቅዱስ ዕሩይ በመለኮት ኢፍጡር ፩ዱ አምላክ ፈጣሬ ኮሉ ዘቦቱ ፫ቱ አካላት ኢቱሱሐን ወ፩ዱ ህላዌ በመለኮት ኢሊሉያን ንሌብዎ በ፩ዱ ልቡና ወኃይል ወክብር ወምክር ወሥምረት ወምልክና ወመንግሥት።	2 ብኣካል ፍሉይ ሠለስተ እዩ፡ ብመለኮት ሓደ እዩ። ዘይተፈጥረ እዩ። ብሓደ ኽብሪ ብሓደ ምኽሪ ንኮሉ ዝፈጠረ ሓደ ኣምላኽ እዩ። ብመለኮት ዘይፈላለዩ ሓደ ባህርይ ዝኾኑ፡ ዘይተሓዋወሱ ሠለስተ ኣካላት ዘለዎ፡ ብፍልጠት ብኃይሊ ብኽብሪ ብምኽሪ ብፍቓድ ብኣገዛዝኣ ብመንግሥቲ ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና።

ዘቆዝሞስ ም፥ ፲፭	ዘቆዝሞስ ም፥ 97
፫ ወ፩ዱ ውእቱ ሥልጣኖሙ ወፈቃዶሙ በከመ ይቤ መዝገበ ንባብ ኦርቶዶክሳዊ ሊቀ ጳጳሳት ለባሴ እግዚ አብሔር ሳዊሮስ ይቤ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ይሰገዱ በ፩ዱ መለኮት ይትኤለቁ በአካላት እንዘ ፩ዱ እሙንቱ በህላዌ መለኮት ወንጹሐን እሙንቱ እምኮሉ ጕልቍ ወእምኮሉ ፍልጠት ኅቡራን እንበለ ተሌልዮ ወሊሉያን እንበለ ትድምርት ይትዋሐዱ በመለኮት ወይትሌለዩ በአካላት።	3 ከምቲ መዝገብ ቅኑዕ ኦርቶዶክሳዊ ትምህርቲ መርከቢ ዝኾነ እግዚኣብሔር ዝኃደሮ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ዝበሎ፥ 'ሥልጣኖምን ፍቓዶምን ሓደ እዩ። ሠለስተ ኣካላት ብሓደ መለኮት ይሰገደ ሎም። እንተኾነ ግና ካብ ሕጊ ቍጽርን ምፍልላይን ዝረሓቐ፥ ብመለኮት ብባህርይ ሓደ ክኾኑ ከለዉ ብኣካል ሠለስተ እዮም። ምፍልላይ ዘይብሎም እዮም፥ ሓደ እዮም። ምትሕውሳስ ዘይብሎም ፍሉያት እዮም። ብመለኮት ሓደ ይኾኑ፥ ብኣካላት ይፈላለዩ እዮም' በለ።
፬ ወናሁ ይቤ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ ክቡር በውስተ መምህራን በመጽሐፉ ዘደረሰ አመ ተሠይመ ኤጲስ ቆጶሰ አንሰ እሰምየ ለመዝሙረ ዳዊት ዘአኅበረ ተሰናዕዎተ ኮሉ ውስተ እምነት በስብሐት ወዘይቤ ዓቢይ እግዚአብሔር ወዓቢይ ኃይሉ ወአልቦ ጕልቍ ለጥበቢሁ እስመ ዝንቱ ምሥጢር መንክር ውእቱ ወይትሌዐል እምአልባበ ዚአነ ወሕሊና ወኢንክል ንትናገር በእንቲአሁ። መዝ ፻፵፯(፻፵፮)፡፭።	4 ኣብ መንነ መምህራን ክቡር ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ፡ ኣብቲ ብኤጲስ ቆጶስነት ምስ ተሾመ ዝደረሶ መጽሓፉ እንሆ ከምዚ በለ፥ 'እቲ ሓድነት ኮሉ ፍጥረት ኣብ ጊዜ ምስጋና ብእምነት ሓደ ዝገበረ እግዚኣብሔር ዓቢይ እዩ፡ ኃይሉ ኸኣ ዓቢይ እዩ። ንጥበቡ ውን ወሰን የብሉን' ንዝበለ ኣመስጋኒ ዳዊት ኣነ እሰምያ እየ። እዚ ምሥጢር'ዚ ረቂቕ እዩ'ሞ፡ ልዕሊ ምርምር ልቡናናን ሕሊናናን ስለዝኾነ፥ ናቱ ነገር ምዝራብ ኣይከኣለናን እዩ። መዝ 147(146)፡5።
፭ ውእቱሰ ይትናገር በጕልቍ ለቢዎ ምሥጢረ ይቤ ዓቢይ እግዚአብሔር ወኢዘከረ እስፍንተ ጕልቈ ዕበያቲሁ ወዓዲ ኢይቤ እስፍንተ ጕልቈ ኃይሉ ወዳእሙ አመረነ በዘኢይትረከብ ከመ ውእቱ ኢይትገመር።	5 ንሱ ግና ኣካል ፈልዩ፡ ምሥጢር ፈሊጡ ተዛረበ፥ 'እግዚኣብሔር ዓቢይ እዩ' በለ። 'ብዝኀኒ ክብሩ ክንድ'ዚ ዝኣክል እዩ' ኢሉ ኣይተዛረበን፡ ከምኡ ውን 'ብዝኀኒ ኃይሉ ክንድ'ዚ ዚኣክል እዩ' ኣይበለን። እኳ ደኣ ንሱ ዘይውሰን ከምዝኾነ ብዘይ ምርመር ምሥጢር ኣረድኣና።
፮ ወበብሂሎቱኒ ዓዲ ዓቢይ ኃይሉ ወሰሚዐከ ኃይሎ ለቡ ዘንተ ትርጓሜ ከመ ክርስቶስ ውእቱ እስመ ጥበቡ ለእግዚአብሔር ወኃይሉ ውእቱ ወዓዲ ለጥበቡ ዘአልቦ ጕልቍ ናሁ ተርጕመ ኢሳይያስ ለጥበብ ክሡተ ከመ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ እንዘ ይብል መንፈሰ ልቡና ወጥበብ ወበዝየ ከሠተ ግብሮ ለ፩ዱ ህላዌ መለኮት ዘ፫ቱ አካላት። ፩ቆሮ ፩፡፳፬። ኢሳ ፲፩፡፪።	6 ከምኡ ድማ 'ዓቢይ ኃይሉ' ምባሉ፥ ነቲ 'ኃይሉ' ዝበሎ ሰሚዕካ 'ኃይሉ' ዝበሎ **ክርስቶስ** ከምዝኾነ ፍለጥ። ከመይ ናይ እግዚኣብሔር ኃይሉ ጥበቡ ንሱ ስለዝኾነ። 'ወሰን ዘይብሉ ጥበብ' ዝበሎ ውን **መንፈስ ቅዱስ** ከምዝኾነ እንሆ ኢሳይያስ 'ጥበብ' ብምባል ገሊጹ፡ ጥበብ ፍልጠት ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ እዩ ክብል ተርጕሞ። ነዞም ሠለስተ ኣካላት ብምውሕሓድ፡ ናይ ሓደ ባህርየ መለኮት ሥራሕ በዚ ዓንቀጽ'ዚ ኣረድኣ። 1ይ ቆሮ 1፡24። ኢሳ 11፡2።

ዘቆዝሞስ ም፥ ፶፭	ዘቆዝሞስ ም፥ 97
፭ ወካዕበ ጸሐፈ አፍላጦን ፍልሱፍ አፍአዊ ጎበ ጢሞቴዎስ በእንተ ግብረ መለኮት ወይቤ እግዚአብሔርሰ ይትአመር በ፫ቱ አስማት ወበ፫ቱ አካላት ወኃይለ መለኮት ህልው ቀዳሜ ጥንት ውእቱ ሣህል ዘይሠህል ለኵሉ ወካልእኒ ጥንት ውእቱ ልቡና ፈጣሬ ኵሉ ወሣልስኒ ጥንት ውእቱ ማሕየዊ ነፍሳት ወወህቤ ሕይወት ለኵሉ ወለእሉ ፫ቱ ቦሙ ኃይል አምላካዊ ዘቦቱ ይትአመሩ።	7 ከምኡ ኸኣ እቲ ኣፍኣዊ ፈላስፋ ኣፍላጦን ብዛዕባ ምሥጢረ መለኮት ናብ ጢሞቴዎስ ጸሓፈ፡ ከምዚ ውን በለ፥ እግዚኣብሔር ብሠለስተ ስም ብሠለስተ ኣካላት ከምዘሎ ይፍለጥ። ሥልጣን ጐይትነት ውን ኣብ ሠለስተ ኣካላት ዘሎ እዩ። መጀመርያ ጥንት ንኵሉ ዝርኣርኣ ኣብ እዩ። ካልኣይ ጥንት ንኵሉ ዝፈጠረ ፍልጠት ወልድ እዩ። ሣልሳይ ጥንት ንኵሉ ሕይወት ዝዕድልን ነፍሳት ዘድኅንን መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዞም ሠለስተ ዝፍለጡሉ ኃይሊ ኣምላኽነት ኣለዎም።
፮ ወለዝንቱ ገሀደ ዘከሮ ቄርሎስ ውስተ መጻሕፍቲሁ ዘቦሙ ተዋሥኦ ለዮልኒስ ርጉም ወይቤ እስመ ሥሉስ ቅዱስ መለኮት እሙንቱ ዘንትአመን ቦሙ እሙነ ዘበጽድቅ ፩ዱ አምላክ ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ውእቱ።	8 ነዚ ድማ ቅዱስ ቄርሎስ ንርጉም ዮልኒስ ኣብ ዝተኸራኸረሉ መጻሕፍቱ ተዛሪብዎ ኣሎ። ብሓቀኛ ሃይማኖት እንኣምኖም ሥሉስ ቅዱስ መለኮት እዮም። ብሓቂ ሓደ ኣምላኽ፡ ሓደ መለኮት፡ ሓደ ባህርይ እዩ።
፯ ወካዕበ እሙነ ዘበጽድቅ ውእቱ ፫ቱ አካላት ዕሩያን በመለኮት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ንሴብሖሙ ወንሰግድ ሎሙ በንባብ ወበምግባር እመቦ ዘሐለየ ካልአ እምዝንቱ አው ሰብሐ ካልአ እምእሉ ውጉዘ ለይኩን።	9 ከምኡ ውን ብሓቂ ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ብቓልን ብግብርን ነመስግኖምን ንሰግደሎምን። ካብዚ እምነት'ዚ ዝተፈልየ ካልእ ዝሓሰብ ኮነ ካብዞም ሠለስተ ኣካላት ወጻኢ ንካልእ ዘመስገነ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፲ ወይደልወነ ንትአመን ጎበረተ ተሠግዎ አምላካዊ ዘውእቱ ተሰብአቱ ለ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ማሕየዊ እግዚአብሔር ቃል ኢየሱስ ክርስቶስ መድኀንን።	10 ኑቲ ብናይ ኣምላኽ ሰብ ምኻን ዝተፈጸመ ተዋሕዶ ክንኣምን ይግባእ። እዚ ድማ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ሕይወት ዝዕድል እግዚኣብሔር ቃል መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ምኻኑ እዩ።
፲፩ ነአምን ወንትአመን እስመ ዝንቱ ፩ዱ እምቅድስት ሥላሴ ንጹሕ ወልድ ቃሉ ለአብ ሕያው ዘቦቱ አካለ አብ ወሶበ ፈቀደ ይሠሃል ትዝምደ እጓለ እመሕያው ወያግብኦ ጎበ ዘቀዳሚ ግብሩ በሥምረተ አብ ወሱታፌ ግብረ መንፈስ ቅዱስ ተሠገወ እምንጽሕት ድንግል በኵሉ ጊዜ ማርያም ወላዲተ አምላክ።	11 እዚ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ዝኾነ ንጹሕ ወልድ፥ ናይ ሕያው **አብ** ቃልን ንናይ **አብ** ኣካል ዝመስል ኣካል ከምዘለዎን ንኣምን። ንባህርየ ሰብ ይቕረ ክብልን ናብቲ ዝቐደመ ክብሩ ኽመልሰን ምስ ፈተወ፥ ብፍቕድ **አብን** ብፍቕድ መንፈስ ቅዱስን ካብታ ኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት ወላዲተ ኣምላኽ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ።
፲፪ ወእኮ በምትሐት ወአምሳል አላ በሥጋ ዘይትዔረየነ በህላዌ ወሐማሚ	12 ብሓሶት፡ መሲልካ ብምርኣይ ኣይኮነን። በቲ ብኣካልን ብባህርይን ንኣና ዝመስል፡

ዘቆዝሞስ ም፥ ፲፭	ዘቆዝሞስ ም፥ 97
ከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወቦቱ ተሠገወ በአካል ወኮነ ምስሌነ በእንቲአነ እንዘ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘእንበለ ፍልጠት ወሚጠት ወኢውላጤ ወኢሙስና።	ከማና ዝሓምም፥ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ ተዋሒዱ ኣካላዊ ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ንሱ እግዚኣብሔር ቃል እንከሎ፥ ከይተፈልየን ባህሪኡ ከይገደፈን ከይተለወጠን ጎልፈት ከይሃለዎን ምእንታና ከማና ኮነ።
፲፫ ወተወልደ በከዊነ ሰብእ በምሥጢር ዘይትሌዐል እምህላዌ ወጠበወ እምአ ጥባት ወተጠብለለ በአጽርቅት ወተወድየ ውስተ ኀል ወዘአልቦቱ መዋዕል ተወክፈ መዋዕለ ውርዛዌ እንዘ ለሊሁ ወልድ ዋሕድ ዘእግዚአብሔር ።	13 ፍጡር ብዘይምርምሮ ምሥጢር ሰብ ኮይኑ ተወልደ። ጡብ ጠበወ፥ ብጨርቂ ተጠቕለለ፥ ኣብ ደምበ ተደርበየ። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወዲ እግዚኣብሔር ዘመን ዘይቀጸረሉ እንከሎ ንሱ፥ ሰብ ዝጉብዘሉ ዕድመ ገንዘብ ገበረ።
፲፬ ወእምድኅረ ልደቱኒ አምላካዊ ዘኢይትረከብ እምድንግል ውእቱ ይትዔረየነ በሥጋ ትስብእት ወይት ዔረዮ ለአብ በህላዌ መለኮታዊ ወኢነሥአ ሥጋ እምህላዌ መለኮት ወእምነ መለኮት ኢፈጠረ ህላዌ ሥጋሁ አላ እምትዝምደ ሥጋነ ።	14 በቲ ዘይምርመር ግብሪ ብኣምላኻዊ ምሥጢር ካብ ድንግል ድኅሪ ምውላዱ ውን ብሥጋ ንኣና ይመስል፥ ብመለኮታዊ ባህርይ ድማ ንኣብ ይመስል። ካብ ባህርይና ደኣ እምበር ካብ ባህርየ መለኮት ሥጋ ኣይወሰደን፥ ካብ መለኮት ውን ባህርየ ሥጋ ኣይፈጠረን።
፲፭ ወበእንተዝ ንቤ ከመ መንክራት ወሕማማት ሎቱ ወቃልኒ ዘመለኮት ወበትስብእት ሎቱ ለባሕቲቱ ውእቱ ወኢንከፍሎ ለክርስቶስ መድኀን እግዚአብሔርሰ ቃል ሥግው ፩ዱ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ውእቱ ይገብር ዘይደሉ ለመለኮት ወይትናገር ዘእንለ እመሕያው በእንቲአነ ወበእንተ ትስብእት ውእቱ ይፈጽም ኵሎ ዘትስብእት ወይሜልጥ ቃላቲሁ ወይትዌከፍ ሕማማተ ማሕየዊ በህላዌ ትስብእት ዘንጽሕት እምኃጢአት ። ዮሐ ፩፡፲፬-፴።	15 ስለዚ ድማ ገቢረ ተኣምራትን መከራ ምቕባልን ገንዘቡ እዩ። ናይ ኣምላኽነትን ናይ ሰብነትን ኣነጋግራ (ወልደ እግዚኣብሔር ወልደ እንለ እመሕያው ምባል) ንእኡ ጥራይ እዩ ንብል። ንመድኃኒና ክርስቶስ ናብ ክልተ ኣይኸፍሎን ኢና። እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ብተዋሕዶ ካብ ክልተ ሓደ ዝኾነ እዩ። ንኣምላኽነት ዝግባእ ይሠርሕ። ምእንታና ውን ሰብ ዝድኅነሉ ሞቱ ይዛረብ። ሰብ ብምኻኑ ውን ኻኦሉ ሥራሕ ሰብነት ይሠርሕ። ነቲ ዝበለ ውን ይፍጽም። በቲ ካብ ኃጢአት ዝተፈልየ ባህርየ ሥጋ ውን ዘድኅን መከራ ይቕበል። ዮሓ 10፡14-30።
፲፮ እንከሰ ኢንፈልጦ ኀበ ፪ቱ ፈቃድ ወኢኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ወኢኀበ ፪ቱ አምሳል ወኢኀበ ፪ቱ ገጻት ወኢኀበ ፪ቱ ሥምረት ወኢኀበ ፪ቱ ክሂል ወኢኀበ ፪ቱ ምግባር እምድኅረ ተዋሕዶ ዘከመ ጠማረ ልዮን ዕልው ዘምሉእ ጽርፈተ ዘይሰነዐዎ ለንስጥሮስ ወይትዔረዮ።	16 እምበኣር ድኅሪ ተዋሕዶ፥ ናብ ክልተ ፍቓድ፥ ናብ ክልተ ባህርያት፥ ናብ ክልተ ኣካላት፥ ናብ ክልተ መልክዕ፥ ናብ ክልተ ገጽ፥ ናብ ክልተ ፍቓድ፥ ናብ ክልተ ሥልጣንን ናብ ክልተ ሥራሕን ኣይንፈልዮን ኢና። ከምቲ ኣብ ደብዳቤ ናይቲ ንንስጥሮስ ብክሕደት ዝመሰሎን ዝተኻኸሎን ክሕደት ዝመልእ ከሐዲ ልዮን ዝተገልጸ እዩ።

ዘቆዝሞስ ም፥ ፲፭

፲፭ ወኮሎሙ እለ ይብሉ በንባቦሙ በእንተ ትሥጉት አምላካዊ እስመ ይኤዝዙ ወይብሉ ከመ ፪ቱ ውእቱ መለኮት ወለለ፩ዱ እምአምሳላት ይገብር ዘዘዚአሁ በሱታፌሁ ለዘየኀብር ቦቱ እስመ ቃል ይገብር ዘይደሉ ለቃል ወሥጋኒ ይፈጽም ዘይደሉ ለሥጋ ፩ዱ እምኔሆሙ ይበርህ እመንክራት ወካልኡ ይቴሐት በሕማማት ወእሉሰ በክሕደቶሙ ያነብሩ ሕጸጸ ወጽእለተ ወኃሣረ ወዘይመስሎ ለዝ ወይፈልጥዎ ለኃይል ዘኪያሁ ንከሥት።

፲፮ ንሕነሰ ንፈትሕ ላዕሌሆሙ ኮነኔ መርገም ግሩም ወላዕለ ኮሎሙ እለ ይሠምሩ ምግባሮሙ ወምክሮሙ ወከማሁ ቃላተ እከይ እለ ይብሉ ምትሐት ወአምሳል ወእለኒ ይቶስሑ ወለኮሎሙ ዕውራነ ልብ ጎሥራን ተቃራንያነ እግዚአብሔር ንሕነ ንጐይይ እመሣግሪሆሙ ለእለ ይቶስሕዎ ወይፈልጥዎ ለክርስቶስ አሐዱ ዘኢይትፈለጥ።

፲፱ ወንሐር ፍኖተ ርትዕተ እንተ ጎቤሃ መርሑነ አበዊነ ንጹሐን ወይእቲ ትወስደነ ጎበ ሕይወት ዘበአማን ወእሉሰ ጎጡአነ አእምሮ እለ አጽለሙ ብርሃናተ ብርሃን ኢተምህሩ ወኢያ እመሩ አእምሮ ሃይማኖት ዘነበብናሁ ንሕነ።

❖ ❖ ❖

ዘቆዝሞስ ም፥ 97

17 ኮሎም እቶም ብዛዕባቲ ኣምላኽ ዝገበሮ ተዋሕዶ ኣብ ዘረባኡም፥ ‹ክልተ ኣካላት ክልተ ባህርያት› ዝብሉ ሰባት ኸኣ ክልተ ከምዝኾኑ፣ ነፍስ ወከፍ ባህርይ ውን በቲ ሓቢርዎ ዘሎ እናተረድኣ ነናቱ ሥራሕ ከምዝሠርሕ ይምህሩን ይዛረቡን። ቃል ንቃል ዝግባእ ሥራሕ ይሠርሕ፣ ሥጋ ውን ንሥጋ ዝግባእ ሥራሕ ይሠርሕ። ካብኡም እቲ ሓደ ብተኣምራት ይበልጽ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ብመከራ ይንእስ ይብሉ። ንሳቶምሲ በቲ ኽሕደቶም፥ ‹ሕጹጽ፣ ዕሩቕ ብእሲ፣ ጎሠርን ነዚ ዝመስልን ኮሉ› ብምባል ነቲ ስሙ ገሊጽና እንምህሮ ክርስቶስ ይኸፍልዎ።

18 ንሕና ግና ኣብ ልዕሊኡምን ኣብቶም ንትምህርቶም ፈትዮም ዝቕበሉን ኮሎም ግሩም ፍዳ ዘምጽእ ፍርዲ ንፈርድ (ኣውጊዝና ንፈልዮም)። ከምኡ ውን ነቶም ክፉእ ትምህርቲ ‹ምትሓት ኣምሳል› ዝብሉ፣ ‹ተሓዋወሰ› ዝብሉን ኸኮሎም እቶም ዕውራነ ልብ ውርደተኛታት ተቓወምቲ እግዚኣብሔርን ኣውጊዝና ንፈልዮም ኢና። ንሕና፥ ካብ ክሕደት እቶም ተሓዋወሰ ዝብሉን ነቲ ዘይክፈል ክርስቶስ ዝኸፍሉን ሰባት ንርሕቕ ኢና።

19 በታ ንጹሓን ኣቦታትና ናብኣ ዝመርሑና ቅንዕቲ መገዲ (ሃይማኖት) ኸኺድ። ንሳ ኸኣ ናብቲ ዘይኃልፍ ሕይወት ከተብጽሐና እያ። እዞም ፍልጠት ዘይብሎምን ጐይታ ንዝኾሞም ሓዋርያት ዝነቐፉን ግና ኣይተማህሩን። ነቲ ንሕና ዝበልናዮ ምሥጢረ ሃይማኖት ውን ኣይፈለጡን።

❖ ❖ ❖

ዘመቃርስ ም፡ ፶፰	ዘመቃርስ ም፡ 98
ምዕራፍ ፶፰ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 98 ክፍሊ 1**
፩ ይቤ ቅዱስ አባ መቃርስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ ውስተ መልእክቱ ዘሲኖዲቆን ጎበ ንጹሕ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ነአምን በፈዱ አምላክ አብ አጎዜ ኮሉ ወወልዱ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ቃሉ ቀዳማዊ ምስሌሁ ወበመንፈስ ቅዱስ ዘወፅአ እምአብ ዘይሴባሕ ወይትአኰት በወልድ ወይሰገድ ምስለ አብ ወወልድ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት አባ መቃርስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ንጹሕ ኣባ ዮሓንስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ከምዚ በለ፥ በቲ ሓደ ኣምላኽ ዝኾነ ንኮሉ ፈጢሩ ዝገዝእ ብአብ፡ በቲ ቃሉ ዝኾነ ብቕድምና ዝነበረ ብሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ከምኡ ድማ በቲ ካብ አብ ዝሠረፀ ብወልድ ዝተገልጸን ዝተመስገነን ምስ አብን ወልድን ዝስገደሉ ብመንፈስ ቅዱስ ንኣምን።
፪ ሥላሴ ንጹሕ ስንዕው በህላዌ ዘኢተፈጥረ በአሐቲ ክብር ወበፈዱ መለኮት ወበአሐቲ ምክር ወፈዱ ፈጣሬ ኮሉ ዘቦቱ ፫ቱ አካላት ወነአምን ተዋሕዶቶ ጥዩቀ በአካላት ዘእንበለ ፍልጠት ሥሉስ ቅዱስ በ፫ቱ አካላት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	2 ፍሉይ ዝኾነ ሠለስትነት፥ በቲ ዘይተፈጥረ ባህሪኡ ሓደ እዩ። ብሓንቲ ክብሪ፣ ብሓደ መለኮት፣ ብሓንቲ ምኽሪ ሓደ እዩ። ሠለስተ ኣካላት ዘለውዎ ንኮሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ሓደ እዩ። በቲ ናይ ባህርይ ሓድ ነቱ ብግልጽን ብርዱእን ንኣምን ኢና። ብኣካላት ምትሕውዎስ የብሉን። ባህርየ መለኮት ብዘይምኽፋል ሓደ እዩ። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ዝተባህሉ ሠለስተ ኣካላት ፍሉያት ሠለስተ እዮም።
፫ ወንሌቡ ከመ ህላዌ መለኮት ንጹሕ ውእቱ እምኮሉ ፍልጠት ወጎልቀ ሊሉያን በተሌልዮ አካላት ወእጐዛን ወስንዕዋን በፅምረተ ፈዱ ህላዌ ዘመለኮት ወምሥጢሮሙ መንክር እስመ ፈዱ ውእቱ ግብሮሙ ወፈዱ መለኮቶሙ ወፈዱ ሥልጣኖሙ ወፈዱ መንግሥቶሙ ዘእንበለ ቱስሕት ወኢውላጤ።	3 ባህርየ መለኮት ካብ ምፍላይን ቀጽርን ርሑቕ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ብምፍላይ ኣካላት ፍሉያት እዮም። ብሓድነት ባህርየ መለኮት ዘይፈላለዩ ሓደ እዮም። ምሥጢሮም ውን ዘደንቕ እዩ። ሥራሖም ሓደ፣ ጐይትነቶም ሓደ፣ ሥልጣኖም ሓደ፣ መንግሥቶም ሓደ እዩ እሞ፣ ምልዋጥ ኮነ ምትሕውዎስ የብሎምን።
፬ ወአስማቲሆሙ ለአካላት አኮ ግብር ከንቱ ሶበ ንሰምዮ ለአብ አበ በእንተ ዘኮነ ወላዴ ወልድ ወአሥራጼ መንፈስ ቅዱስ ወለወልድኒ ወልደ በእንተ ዘተወልደ እምአብ ወለመንፈስ ቅዱስኒ መንፈስ ቅዱሰ በእንተ ዘወፅአ እምአብ ወመንፈሶሙ ውእቱ ለአብ ወወልድ።	4 ኣስማት ኣካላት ድማ ብሓሶት ዝተጸውዕሉ ኣይኮነን። ንአብ **አብ** እንተበልናዮ ንወልድ ዝወለደን ንመንፈስ ቅዱስ ዘሠረፀን ስለዝኾነ እዩ። ንወልድ ውን ወልድ እንተ በልናዮ ካብ **አብ** ስለ ዝተወልደ እዩ። ንመንፈስ ቅዱስ ድማ መንፈስ ቅዱስ እንተበልናዮ ካብ **አብ** ስለ ዝሠረፀን ንአብን ወልድን እስትንፋሶም ስለዝኾነን እዩ።
፭ ወህላዌሰ ንጽሕት እንተ ኢትትፈለጥ በእንተ ገጻት ከመ ኢንለቡ እምኄሆሙ ፫ተ ህላዌያተ እስመ ህላዌሰ ኢትትጌለቀ በከመ ንቤ እስመ መለኮት ቅዱስ ፍጹም በአካላት ዘእንበለ ፍልጠት ወኢሕጸት።	5 እንተኾነ ግና ኣካላት ሠለስተ ብምኻኖም እታ ካብ ምንታዌ ዝረሓቐት ባህርይ ኣይትኽፈልን እያ። ንኣካላት ሠለስተ ብምባልና ፥ሠለስተ ባህርያት ኣለዉ ከይንብል፡ ከምቲ ዝተባህለ ባህርይ ካብ ምንታዌ ዝረሓቐት እያ። ጽኑዕ መለኮት ብዘይ ምኽፋልን ብዘይ ምልዋጥን ብኣካላት ፍጹም ስለዝኾነ ብኣካላት ምትሕውዎስ ብባህርይ ምንጻል የብሉን።

ዘመቃርስ ም፣ ፲፰	ዘመቃርስ ም፣ 98
፪ ወይከውነነ ስምዐ በዝንቱ ነገር ኮኮብ ብሩህ ኦርቶዶክሳዊ ማሪ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ውስተ ድርሳኑ ዳግም ዘደረሰ እንዘ ያስተጎፍሮ ለአግርማጥኮስ ቂሣርያዊ በዓለ ስም ሕሙም።	6 በዚ ነገር'ዚ ውን እቲ ‹ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ› ዝብል ኦርቶዶክሳዊ፣ ብሩህ ኮኾብ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ፥ ነቲ በዓል ክፉእ ስም ናይ ቂሣርያ ሰብ ኣግርማጥኮስ ተቓዊሙ ኣብ ዝደረሶ ካልኣይ ድርሳኑ የረድኣና እዩ።
፫ ይቤ ንሕነሰ ነአምር እስመ ለመለኮተ ሥላሴ ፩ዱ ክብሩ ወኢይረክቦ ሕጸት ለህላዌ መለኮተ ሥላሴ ወመለኮትኒ እሙር ከመ ውእቱ ያንብር ሠለስቲሆሙ ዝንቱ ዘይትአመር በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአልቦ በውስተ መለኮት ውላጤ በተውሳክ ወኢበሕጸት።	7 ‹ንሕናስ ክብሪ ናይቲ ባህርየ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ከምዝኾነ፣ ናይ ሠለስተ ኣካላት ባህርየ መለኮት ውን ምፍላይ ከም ዘይብሉ ንፈልጥ ኢና› በለ። መለኮት ንሠለስተ ኣካላት ሓደ ከምዝገብሮም ፍሉጥ እዩ። እዚ ዝፍለጥ ድማ **ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** እዩ። ኣብ መለኮት ብምውሳኽ ኮነ ብምንካይ ምልዋጥ የልቦን።
፬ ወአካላትሰ እስመ አካለ አብ ካልእ እምአካለ ወልድ ወካልእ እምአካለ መንፈስ ቅዱስ ወመለኮትኒ ሀሎ እምቀዲሙ በአሐቲ ክብር እንበለ ጥንት ወኢተወልደ እምካልእ ወበእንተ ዝንቱ ውእቱ አብ ዘበአማን ወወልድሰ ተወልደ እምአብ ዘለዓለም እምቅድመ ኵሉ ዓለም ከመ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘእንበለ ፍልጠት ወውእቱ ብርሃን ዘኢይትገሠሥ እምብርሃን ዘኢይትገሠሥ ወመንፈስ ቅዱስሂ ህልው እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወኢተወልደ ከመ ወልድ አላ ወፅአ እምአብ።	8 ኣካላት ግና ናይ **ኣብ** ኣካል ካብ ናይ ወልድ ኣካል ፍሉይ እዩ፣ ካብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ውን ፍሉይ እዩ። መለኮት ድማ ጥንቲ መርከቢ ከይሃለዎ ከይተለወጠ ብሓንቲ ክብሪ ብቐድምና ነበረ። **ኣብ** መርከቢ ከይሃለዎ ብወላዲነት ነበረ፣ ካብ ካልኣ ውን ኣይተወልደን፣ ስለዚ ድማ ናይ ባህርይ ኣቦ እዩ። ወልድ ውን ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ካብቲ ዘይልወጥ **ኣብ** ተወልደ። ብርሃን ካብ ብርሃን ከይተፈልየ ከምዝኮነ፣ ዘይድኅሠሥ ብርሃን ንሱ ካብቲ ዘይድኅሠሥ ብርሃን ተረኽበ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ኵሉ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ **ኣብ** ተረኺቡ ብሠራጺነት ይነብር፣ ካብ **ኣብ** ሠረፀ እምበር ከም ወልድ ኣይተወልደን።
፭ ወዓዲ ንረክብ ከመዝ በውስተ መልእክተ አቡነ አትናቴዎስ ዓቢይ ሐዋርያዊ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘሀገረ እስክንድርያ እንተ ፈነዋ ኀበ አንኪጦስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆሮንቶስ እንዘ ይብል እስመ ሥላሴ ይሄሉ በሥላሴሁ ወለእመኒ ነሥአ ቃል ሥጋ እማርያም ሥላሴሰ ኢይትቄከፍ ወኢታሕጸጸ ኀእሙ ይሄሉ ለዓለም ፍጹም በ፩ዱ መለኮት በሥላሴሁ።	9 ዳግማይ ውን ኣብቲ ናይ ሃገረ እስክንድርያ ርእሰ ኤጲስቆጶሳት ዓቢይ ሓዋርያዊ ኣቦና ኣትናቴዎስ ናብ ናይ ቆሮንቶስ ኤጲስቆጶስ ኣንኪጦስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ 'ሥላሴ ብሠለስትነቱ ጸኒዑ ይነብር። ብሠለስተነቱ ብሓደ መለኮት ጸኒዑ ንዘለዓለም ይነብር እምበር ዋላ እኳ ቃል ካብ ድንግል ማርያም ሥጋ እንተወሰደ፣ ንሥላሴ ርባዔ ምንታዌ የብሉን።' ዝብል ንረክብ።
፲ ዘንተ ንሌቡ ወዘንተ ንሰብክ ለቤተ ክርስቲያን ቅድስት ሥላሴ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፩ዱ መለኮት ወአከ	10 ነዚ ንፈልጥ፣ ነዚ ውን ንቤተ ክርስቲያን ንምህር። ሥላሴ፥ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጽ ሓደ መለኮት እዩ። ከምቲ ሰባልዮስ

ዘመቃርስ ም፡ ፶፰	ዘመቃርስ ም፡ 98
መለኮት ዘይትረከብ በፅዱ ገጽ በከመ ይቤ ሰባልዮስ ወኢሂ ፍሉጥ በህላዌሁ በከመ ፀረፉ አርዮስ ወባሕቱ ነአምሮሙ ለቮቱ አካላት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘህልዋን ለዓለም ወስን ዕዋን ዘልፈ በተዋሕዶተ ፅዱ መለኮት ወፅዱ ግብር ሎሙ ንሰግድ ወንሴብሕ ቅድስተ ሥላሴ በፅዱ መለኮት።	ዝበሎ መለኮት አብ ሓደ ገጽ ጥራይ ዝርከብ ኣይኮነን። ኣርዮስ ከምዝኸሓዶ ውን ብባህርይ ዝተኸፍለ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ንዘለዓለም ጸኒያም ዝነብሩ ሠለስተ ኣካላት **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ብሓደ መለኮት ብሓደ ግብሪ ሓድነቶም ንፈልጥ እምበር። ንእኣም ንሰግድ። ንሠለስተ ኣካላት ብሓደ መለኮት ውን ነመስግን።
፲፩ ወካዕበ ነአምን በፅዱ እምቅድስት ሥላሴ ወልድ ቃለ እግዚአብሔር አብ ዘተወልደ እምኔሁ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ብርሃን ዘበአማን እምብርሃን ዘበአማን ወበደኃሪ መዋዕል ሶበ ፈቀደ ያፍልስ ትዝምደ እጓለ እመሕያው ወይሚጠነ ዳግመ ጎበ ሕይወት እንተ ትትበፃዕ ለነ ለእለ ወደቅነ በኃጢአት በእንተ ዓሊዎቱ በፈቃደ አቡሁ ወበግብረ መንፈስ ቅዱስ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ጎቤነ አመ ተሣህለነ ተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ንጽሕት።	11 ከምኡ ድማ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል፣ ዓለም ከይተፈጥረ ካብኡ ዝተወልደ ቃል እግዚኣብሔር **ኣብ**፣ ካብ ሓቀኛ ብርሃን ዝተረኽበ ሓቀኛ ብርሃን ኮሉ ዝተፈጥረሉ ወልድ ዋሕድ፣ ብዳጎረዋይ ዘመን ንባህርየ ሰብ ካብ ፍዳ ኃኽፈሊ፣ ብምኽንያት ናይ ኣዳም ትእዛዝ ምፍራስ ብኃጢኣት ተታጎዝና ዝነበርና ንኣና ናብታ እትምስገን ሕይወት ዳግማይ ኃኽመልሰና ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፣ ብፍቓድ ኣቦኡን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስን ርእሱ ኣትሒቱ ንባህርይና ባህሪኡ ከም ዝገበረ፣ ይቕረ ክብለልና ምስ ደለየ ውን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን።
፲፪ አመ አብሠራ ገብርኤል ሊቀ መላእክት በቃሉ ተሠገወ እምኔሃ ወአሚሃ ፀንሰቶ ፱ተ አውራኁ በጎልቀኑ ወተወልደ በመንክር ግብር በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ እስመ ሶበ በጽሐ ተፍጻሜተ መዋዕል ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ ዋሕደ ወተወልደ እምብእሲት ከመዝ ተወልደ እም ድንግል። ሉቃ ፩፡፳፪-፴፱። ገላ ፬፡፬።	12 ሊቀ መላእኽቲ ቅዱስ ገብርኤል ብቃሉ ምስ ኣበሠራ፡ ብዝተፈልየ ኣካሉ ካብኣ ሰብ ኮነ። ሽዑ ውን ትሸዓተ ወርኀን ኃሙሽተ መዓልትን ፀነሰቶ። ግሩም ብዝኾነ ሥራሕ ከኣ ወለደቶ። 'ናይ ቈጸራ ዘመን ምስ በጽሐ እግዚኣብሔር ኑቲ ሓደ ወዱ ለኣኾ፣ ካብ ድንግል ውን ተወልደ' ክብል ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝተዛረቦ፣ ብከምዚ ካብ ድንግል ተወልደ። ሉቃ 1፡22-39። ገላ 4፡4።
፲፫ እምድኅረ ልደቱ ዘኢይትረከብ ኢማሰነ ድንግልናሃ ወበእንተዝ አመነ ከመ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ተወልደ ሕፃነ ወተጠብለለ በአጽርቅት ወተወድየ ውስተ ጎል ወዘአልቦቱ ጥንተ መዋዕል ወዘህልው ዘለዓለም ዘልፈ ምስለ አቡሁ ወመንፈስ ቅዱስ ተወክፈ መዋዕለ ወጊዜያተ ወልህቀ በተሐዕኖ እንዘ ለሊሁ ፅዱ ወልድ። ኢሳ ፱፡፮-፯። ዕብ ፲፫፡፰።	13 ድኅሪ'ቲ ዘይምርመር ልደቱ ውን ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን። ስለዚ ኽኣ ወላዲተ ኣምላኽ ከምዝኾነት ኣመንና። ሕፃን ኮይኑ ተወልደ፣ ብጨርቂ ተጠቕለለ፣ ኣብ ደምበ ተደርበየ። በዚ ጊዜ'ዚ ተረኺቡ ዘይበሃል፣ ምስ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ዝነበረ፣ ዘሎን ንዘለዓለም ዝነብርን ንሱ፣ ዘመን ተቈጽረሉ፣ ጊዜ ውን ተነግረሉ፣ ንሱ ሓደ ወልድ እንከሎ በብን እሽቶ ዓበየ። ኢሳ 9፡6-7። ዕብ 13፡8።

ዘመቃርስ ም፥ ፲፰	ዘመቃርስ ም፥ 98
፲፬ ነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ውእቱ ሰማያዊ ውእቱ ምድራዊ አምላክ ወሰብእ ጎቡረ ይትዔረዮሙ ለአብ ወለመንፈስ ቅዱስ በመለኮቱ ወኪያነሂ ይትዔረየነ በትስብእቱ ኢነሥአ ሥጋሁ እምህላዌ መለኮቱ ወኢወለጠ ህላዌ ሥጋ ጎበ መለኮቱ አላ ኮነ ሰብአ ከሚነ ወነሥአ ሥጋነ ዘገብሮ ሎቱ እምሥጋሃ ለድንግል ንጽሕት ወአጎበሮ ምስለ መለኮቱ በ፩ዱ ጎብረት ዘአልቦቱ ፍልጠት።	14 እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ሓደ ገጽ ሓደ አካል ከምዝኾነ ብእኡ ንአምን። ሰማያዊ እዩ፡ ምድራዊ ውን እዩ። ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ አምላኽ እዩ። ብመለኮቱ ንአብን መንፈስ ቅዱስን ይመዓራረዮም። ሰብ ብምኻኑ ድማ ንአና ይመስለና። ንሥጋ ካብ ባህርየ መለኮቱ ኣይወሰደን። ባህርየ ሥጋ ውን ናብ ባህርየ መለኮቱ ምኻን ኣይለወጠን። ከማና ሰብ ኮነ ደኣ እምበር። ኑቲ ክዋሓዶ ዝፈጠሮ ሥጋና ካብ ንጽሕት ድንግል ወሲዱ፡ ምፍላይ ብዘይብሉ ሓደ ተዋሕዶ ምስ መለኮቱ ሓደ ገበሮ።
፲፭ ወሶበኒ ኮነ ሰብአ ኢጎደገ መለኮቶ ሐሰ ወአልቦ ውላጤ ወኢሚጠት ወኢቱስሕት ውስተ እለ ጎብሩ በተዋሕዶ አላ ጽኑዕ ቦቱ ወኮነ ፍጹመ ከሚነ በዅሉ ዘይደልዎ ለትስብእት ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወኢይትከፈል ጎበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢይትፈለጥ ጎበ ፪ቱ አርአያ ወኢጎበ ፪ቱ አምሳላት ወኢይትአመር በ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ በከመ ይቤ ጉባኤ ርኩስ ዘተጋብአ በኬልቄዶን ወሆከ ዓለመ።	15 ዋላ ውን ሰብ እንተኾነ ኣምላኽነቱ ኣይኃደገን። ‹ኣምላኽነቱ ኃደገ› ምባል ኣይግባእን። ብተዋሕዶ ሓደ ኣብ ዝኾኑ (መለኮትን ትሰብእትን) ምልዋጥ ኮነ ባህረኻ ምግዳፍ የልቦን። ብዘለዎ ተዋሕዶ ጸኒዑ ይነብር እምበር። ብዘይካ ኃጢኣት ብዅሉ ንትስብእት ዝግብኦ ፈጺሙ ከማና ኮነ። ናብ ክልተ ባህርያት ኣይክፈልን እዩ። ናብ ክልተ ገጽ፡ ናብ ክልተ ግብሪ ኣይፍለን እዩ። ከምቲ ኣብ ኬልቄዶን ተኣኪቡ ዓለም ዝሃወኸ ርኹስ ጉባኤ ዝበሎ፥ ‹ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ› ኣይበሃልን እዩ።
፲፮ ወኢንቤ ከመ መንክራት ለ፩ዱ ወሕማማት ለካልኡ አላ እማንቱ ለዝንቱ ፩ዱ ውእቱ ከመ አምላክነ ወእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ አካል ሥግው ወ፩ዱ ህላዌ ዘጎብረ ኵለንታሁ ለወልድ ዘውእቱ ቃል ወሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወልቡና ወ፩ዱ ምግባር ውእቱ።	16 ነቲ ሓደ ተኣምራት ምግባር፡ ነቲ ካልእ ድማ መከራ ምቕባል ሂብና ኣይንዛረብን። ጐይታናን ፈጣሪናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻኑ፥ ተኣምራትን ሕማማትን ናይዚ ሓደ ገንዘብ እዮም እምበር። ኮለንትናኡ ወልድ ብተዋሕዶ ሓደ እዩ። እዚ ድማ እትፈልጥ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋን ቃልን እዩ። ሓደ ግብሪ'ዩ።
፲፯ እስመ በዝየ ይሰመይ አካል ህላዌ አካሉ ለወልድ ወአኮ ውእቱ ህላዌ ዘያስተጋብኦሙ ለሥሉስ ቅዱስ ወበእንተ ዝንቱ ተሠገወ እግዚአብሔር ቃል ወአስተርአየ በዲበ ምድር ወልደ እግዚአብሔር ወአንሶሰወ ከመ ሰብእ ወበምጽአቱ ጎቤነ ተፈጸመ ዘነበቡ ነቢያት በእንቲአሁ እስመ ምጽአቱ ኢኮነ ዘእንበለ ሰማዕት። አሞ ፫፡፯።	17 ኣብዚ ዓንቀጽ እዚ ‹ኣካል›፥ ናይ ወልድ ኣካል ህላዌ ይበሃል። ኣካል ንሠለስትነት ሓደ ዝገብሮም ኣይኮነን። ስለዚ ድማ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ኮነ፡ ወዲ እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለም ተገልጸ። ምስ ሰብ ውን ነበረ፡ ሰብ ብምኻኑ ከኣ እቲ ብዛዕባኡ ነቢያት ዝተዛረብዎ ተፈጸመ። ምክንያቱ ሰብ ምኻኑ ብዘይ ትንቢት ኣይኮነን። ኣሞ 3፡7።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
ምዕራፍ ፶፱ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 99 ክፍሊ 1**
፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአብ አባ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ጎበ አብ አባ ሚናስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን ወንትአመን በ፩ዱ አምላክ ሥሉስ ቅዱስ ዘቦቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት እንዘ ፫ቱ አካላት አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦ ኣባ ዲዮናስዮስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦ ኣባ ሚናስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ሠለስተ ኣካላት ክኾኑ ከለዉ፡ በቲ ሓደ ባህርይ ሓደ ጐይትነት ዘለዎን ብኣካል ፍሉይ ሠለስተ ዝኾነን ሓደ ኣምላኽ ንኣምንን ንእመንን።
፪ ለአብሰ አኮ ህልዎቱ እምካልኢ እስመ ውእቱ ህልው ወኢተወላዲ ወወልድሰ ተወልደ እምአብ እምቅድመ ዓለም ወመንፈስ ቅዱስኒ ወፅአ እምአብ ወሥሉስ ቅዱስሂ ይትአመሩ በ፫ቱ አካላት ወተዋሕዶተ መለኮቶሙ ዘይትሌዐል እምኮሉ ንባብ።	2 **አብ** ብወላዲነት ስለዘሎን ዘይተወልደ ስለዝኾነን ካብ ካልኣ ዝተረኽበ ኣይኮነን። ወልድ ግና ዓለም ከይተፈጥረ ካብ **አብ** ተወልደ። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ሠረፀ። ሥሉስ ቅዱስ ብሠለስተ ኣካላት ተፈልዮም ይፍለጡ። ናይ መለኮቶም ሓድነት ውን ልዕሊ ኵሉ ዘረባ እዩ።
፫ እስመ ፩ዱ ህላዌ ወብሉያነ መዋዕል እሙንቱ ነአምሮሙ በአሐቲ መንግሥት ወበ፩ዱ ምልክና ወበ፩ዱ ኃይል ንሰግድ ሎሙ ወናስተበቍያሙ ለእሙንቱ ሥላሴ በተዋሕዶ ወተዋሕዶ በሥላሴ።	3 ምኽንያቱ ሓደ ባህርይን ቅድሚ ዘመናት ዝነበሩን እዮም። ብሓንቲ መንግሥቲ፡ ብሓደ ኣገዛዝኣን ብሓደ ሥልጣንን ንፈልጦም፡ ንሰግደሎምን ንልምኖምን። ሠለስትነት ኣብ ሓድነት፡ ሓድነት ውን ኣብ ሠለስትነት ኣሎ።
፬ በከመ ይቤ ነባቤ መለኮት ጎርጎርዮስ እቤ በተዋሕዶ ይሰገዱ ሥሉስ ቅዱስ ወሥላሴ በተዋሕዶ ሥላሴ ፍጹማን በአካላት ብሉያነ መዋዕል ዕሩያን በብርሃን ኢፍጡራን ዘኢይትነገር ክብሮሙ ዕሩያነ ህላዌ ኃይል እንተ ኢትትከፈል በምንትኒ ግሙራ ወኢትትፈለጥ በግብራት ወኢበምግባር ባቲ ፩ዱ ብርሃን ወ፩ዱ ዕበይ ወ፩ዱ ስግደት ወ፩ዱ ምልክና ዘይደሉ ለመለኮት በኵሉ ግብር።	4 ከምቲ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ፥ 'ብኣካል ፍሉያት ዝኾኑ ሠለስቲኦም ብሓድነት ይስገደሎም በልኩ' ዝበለ፡ ሠለስትነት ኣብ ሓድነት ኣሎ። ሥላሴ ብኣካላት ፍጹማን እዮም። ቅድሚ ዘመን ዝነበሩ እዮም። ብፍልጠት ሓደ እዮም፡ ዘይተፈጥሩ ኸኣ እዮም። ናቶም ክብሪ ዘይንገር እዩ። ብባህርይ ሓደ እዮም። እታ ብዝኾነ ይኹን ዘይትኽፈልን ብምፍጣር ኮነ ብዝተፈላለየ ሥራሕ ዘይትፍለን ኃይሊ፥ ሓደ ፍልጠት ሓደ ጐይትነት ሓደ ስግደት፡ ዝኾሉ ሥራሕ ንመለኮት ዝግባእ ሓደ ኣገዛዝኣ ናታ እዩ።
፭ ውእቱሰ ፩ዱ አምላክ ወአኮ ፫ቱ ፩ዱ እግዚእ ወአኮ ብዙኃን ወክብረ ምልክናሂ ልዑል ለመለኮት ወበመለኮት ምልክና ወቅድስት ሥላሴ ይእቲ እንተ ትትመለክ ወትትአመር በ፫ቱ	5 ንሱ ሓደ ኣምላኽ እዩ፡ ሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይኮነን። ሓደ ፈጣሪ እዩ እምበር ብዙኅ ኣይኮነን። እቲ ዘይምርመር ክብሪ ኣምላኽ ነት ገንዘብ መለኮት እዩ። ፈጢርካ ምግዛእ ብመለኮት እዩ። እታ ፍልይቲ ዝኾነት ሠለስትነት ብሠለስተ ኣካላት ተፈሊጣ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
አካላት ወተዋሕዶተ መለኮቶሙ ርሑቅ ውእቱ እምኵሉ ክፍለት ወእምኵሉ ፍልጠት።	እትምለኽ እያ። እቲ ናይ ባህሪኣም ሓድነት ውን ካብ ኵሉ ምፍላይን ካብ ኵሉ ምኽፋልን ርሑቕ እዩ።
፮ ወንሕነ ነአምን ወንትአመን ወንሰብክ ከመ አብ ኢተወልደ ወአልቦቱ ጥንት ኢይትመየጥ ወኢትቄለጥ ወኢተወልደ እምነ መኑሂ ወአልቦ ዘኮነ መኑሂ ምክንያተ ሕይወቱ እስመ አልቦቱ መዋዕል ለሕይወቱ ወኢይመውት ግሙራ ለሊሁ ፈጣሪ ገባሬ ነፍሳት ወሥጋት።	6 ንሕና ውን **አብ** ከም ዘይተወልደ፡ ኣርካቢ ውን ከም ዘይብሉ ፈጺምና ንኣምን፡ ንምህር ውን ኢና። ኣቦኑቱ ውን ኣይፈልስን፡ ኣይልወጥን እዩ። ካብ ዋላ ሓደ ኣይተወልደን። በዚ ጊዜ'ዚ ተረኽበ ስለ ዘይበሃል፡ ሞት ስለዘይብሉን፡ ነፍሳትን ሥጋትን ዝፈጠረ ፈጣሪ ንሱ ባዕሉ ስለዝኾነን፡- ምኽንያት መርከቢኡ ዋላ ሓደ የልቦን።
፯ ፩ዱ አብ ለወልዱ ዋሕድ ዘተወልደ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ገብረ ኵሎ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ወሰማያትኒ ግብረ እኁብሢሁ ወይእኀዝ ኵሎ ምድረ በእራኁ ወነአምን ቦቱ ይእዜ ከመ ውእቱ ወልድ ዋሕድ አምላክ ዘእምአምላክ ብርሃን ዘእም ብርሃን ዘይመስል ወላዲሁ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ከዊነ አብና ወአልቦ መዋዕል አመ ተከፍለ ወባሕቱ ውእቱሰ ወልድ ዋሕድ ወቃሉ ለ፩ዱ ወተወልደ እመለኮተ አብ ቀዳማዊ እምቅድመ ዓለም በአምሳል ዘኢይት ረከብ ዘከመ ብርሃን ወእሳት ቃሉ ጽኑዕ ለአብ ጥበቡ ወኃይሉ።	7 ኑቲ ዝርአን ዘይርአን 'ለይኩን' ኢሉ ዝፈጠረሉ፡ ሰማያት ሥራሕ ኣእዳዉ ዝኾኑ፡ ንኵሉ ብኢዱ ጨቢጡ ንዝኃዝ፡ ዝተወልደ ሓደ ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣቦ እዩ። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወዱ÷ ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ብዘይካ ብኣቦኑት እምበር ብኵሉ ሥራሑ ንኣቦኡ ዝመስል ዝተኻኸል ከምዝኾነ ብወልድ ንኣምን። ካብ ኣቦኡ ዝተፈልየሉ ዘመን የለን። ንሱስ ሓደ ወልድ እዩ። ንሓደ **አብ** ውን ቃሉ እዩ። ከምቲ ብርሃን ካብ እሳት ዝርከብ፡ ብዘይምርመር ግብሪ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ ባህርይ ቀዳማዊ **አብ** ዝተወልደ እዩ። ናይ **አብ** ኣካላዊ ቃሉ፡ ጥበቡን ኃይሉን እዩ።
፰ ወአኮ ዘይትጌለቀኑ ምስለ ኵሎሙ ፍጡራን ወኢተጸገወ ከዊነ ወልድ ዳእሙ ውእቱሰ ወልድ ውእቱ ዋሕድ ቃሉ ለእግዚአብሔር ኢኮነ ቃሉ ለአብ ዘይትማሰል በአምሳለ ንባብ ዘይትከዐው ውስተ ነፋስ ወኢይትማሰል ቃላተ እለ አልቦሙ አካል አላ ቃል ሕያው ውእቱ ወዓዲ ነአምን በመንፈስ ቅዱስ ዘወፀአ እምአብ ከመ ቦቱ አካል ።	8 ምስ ፍጡራን ዝቕጸር ኣይኮነን። ነቲ ወልድነቱ ውን ብጸጋ ህያብ ዝረኸቦ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ናይ ሓደ እግዚኣብሔር **አብ** ቃሉ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ እዩ። ናይ **አብ** ቃሉ ነቲ ኣብ ንፋስ (ኣየር) ዝሩው ኮይኑ ዝተርፍ ቃል ዝመስል ኣይኮነን። ኣካላዊ ቃል እዩ እምበር ነቶም ኣካል ዘይብሎም ቃላት ውን ኣይመስልን እዩ። ካብ **አብ** ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣካል ከምዘለዎ ንኣምን ኢና።
፱ በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ እስመ ለአብ ቦቱ አካል ለርእሱ በባሕቲቱ ወወልድኒ ዘያስተርኢ በአካሉ ወቦቱ ያስተርኢ አካሉ ለአብ	9 ‹ንአብ÷ ንበይኑ ንርእሱ ኣካል ኣለዎ። **ወልድ** ዝግለጽ ውን ብፍሉይ ኣካሉ እዩ። ነቶም ንአብ ዝርእዩ ሰባት ውን እቲ ናይ **አብ** ኣካሉ ጐይትነቱ ብ**ወልድ** ይፍለጥ÷

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
ወጸዳሉ ለእለ ይሬእይዎ ለአብ ወለምንትኑ ትትነሠሡ ይእዜ ውእቱሰ ወልዱ በህላዌ ዘቦቱ ወበእንቲአሁ ይትአመር ዚአሁ ለአብ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ዘይትዋሐድ በመለኮት ምስለ አብ ወወልድ ወአኮ ነኪር ውእቱ እመለኮቶሙ ወህላዌሆሙ ለአብ ወወልድ እስመ ነአምሮ ለአብ በኢልደት ወለወልድኒ በልደት ወለመንፈስ ቅዱስኒ በፀአት። ዮሐ ፲፬፡፰-፲	ስለምንታይ ሕጂ ትመራመሩ ኣሎኹም፡ ንሱስ አብ ብህልውናኡ ዘሎ፡ ናይ አብ ኣካሉ ዝፍለጠሉ ናይ ባህርይ ወዱ እዩ። ምስ አብን ወልድን ብመለኮት ሓደ ብዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ውን ንኣምን። ንሱ ውን ካብ ናይ አብን ወልድን ባህርይ፡ ካብ ጐይትነቶም ፍሉይ ኣይኮነን፡ ክብል ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ ከምዝተዛረቦ። ንአብ ብዘይ ምውላድ፡ ንወልድ ብምውላድ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ውን ብምሥራፅ ንፈልጦ ኢና። ዮሐ 14፡8-10።
፲ ውእቱኒ ዓዲ በፅዱ ህላዌ ወበፅዱ ክብር ምስለ አብ ወወልድ ወአኮ ውእቱ ዘከመ እስትንፋስ ዘሀሎ ውስቴትነ ዝንቱ ዘንስሕቦ ጎቤነ እምነ ነፋስ ለቁመተ ሥጋነ ወባሕቱ ነአምን ጥዩቀ ከመ ውእቱ መንፈሰ እግዚአብሔር ዝንቱ ዘኮነ ቃል ስምዐ በእንቲአሁ ወከሠተ ግብሮ አመ ፈነዎ ላዕለ ሐዋርያቲሁ ዘከመ ነበልባል እምዝንቱ ፅዱ ህላዌ እምዘቦቱ አካል ወይትአመር በዘዚአሁ። ዮሐ ፲፬፡፲፩። ፲፭፡፳፮። ግብ ሐዋ ፪፡፫።	10 ንሱ ምስ አብን ወልድን ብባህርይ ሓደ እዩ። ብክብሪ ውን ሓደ እዩ። ከምቲ ሰብነትና ከነጽንዕ ካብ ንፋስ እንቕበሎን (እነስተንፍሶ) ኣብ ውሽጥና ዘሎን ከምዚ እስትንፋስ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ንሱ ኣካላዊ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ እስትንፋሱ ከምዝኾነ ብግልጺ ብርዱእ ንኣምን። ብዛዕባኡ ቃል ዝመስከረሉ እዚ እዩ። ኣካል ዘለዎ ብምኻኑ በዚ ሓደ ባህርይ'ዚ ብኣምሳል እሳት ኣብ ላዕሊ ሓዋርያት ምስ ኣጎደሮ ሥራሑ ገለጸ። በቲ ናቱ ብእስትንፋስነት ይፍለጥ። ዮሐ 14፡15። 15፡26። ግብ ሐዋ 2፡3።
፲፩ አምላክነሰ ሥሉስ እንበለ ተሌልዮ ወእንዘ ይትዋሐድ በመለኮት ይትኌለቀሑ በአካላት ወይእዜኒ ንበጽሕ ጎበ ሥርዓት ማሕየዊ ዘገብሮ በእንተ መድኃኒትነ ፅዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል ወንሬስዮ ለነገር ስብሐተ ለሙቱ ወንጸርሕ እንዘ ንብል ይትባረክ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አምላከ አጋእዝት ዘበክሢሎቱ ወረደ ወአድኀነ ሕዝቦ ዘከመ ጊሩተ መለኮቱ።	11 ፈጣሪናስ ብዘይ ምፍላይ ሠለስተ እዩ። ብመለኮት ሓደ ክኸውን ከሎ ብኣካል ሠለስተ ይበሃል። ሕጂ ኸኣ ናይ'ቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ቃል ንኣና ንምድኃን ዝገበሮ ሰብ ናይ ምኻን ነገር ንዛረብ። እንዛረቦ ዅሉ ውን ንእኡ ክብሪ ንገብሮ። ‘እቲ ብለውሃት ባህሪኡ፡ ብከሃሊነቱ ሰብ ኮይኑ ንሕዝቡ ዘድኀነ፡ ናይ መላእኽቲ ፈጣሪ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይኽበር ይመስገን’ እናበልና ነመስግን።
፲፪ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ወተሠገወ እምኔነ ወተዐገሠ ይፀነስ በከርሠ ድንግል ወተወልደ እምኔሃ በከዊነ ሰብእ በደኃሪ መዋዕል ወኢተወለጠ እመለኮቱ በከመ ይቤሉ አበዊነ ንጹሐን ከመ ኢይትሐለይ እስመ ዘኮነ ቦቱ አምሳለውእቱ ኢይትዌከፍ	12 ነቲ ልዑል ባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ፡ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ኣብ ማኅፀን ድንግል ክፅነስ ውን ፈተወ። በቲ ዳኅራይ ዘመን ሰብ ኮይኑ ካብኣ ተወልደ። ካብ ኣምላኽነቱ ውን ኣይተለወጠን። ነቲ ሰብ ምኻኑ 'ምትሓት እዩ' ተባሂሉ ምእንቲ ከይንገር፡ ከምቲ ንጹሓን ኣቦታትና ዝበልዎ፡ መሲሉ ብምርኣይ ጥራይ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
ግብረ በርእይ ባሕቲቱ አላ በጕንዱይ መዋዕል ወበገቢረ ኵሉ ግብረ ትስብእት ዘውእቱ ተፀንሶ ተስዓተ አውራኑ ወተወልዶ ወተሴስዮ እምነ አጥባት ወልህቀት በበሕቅ ወውርዛዌ በኑኅ ጊዜያት ወተውላጠ ዓመታት ከመ በዝንቱ ዘኮነ ያጤይቅ ሥጋዌሁ እምኔነ እሙነ።	ሥራሕ ሠርሐ ኣይበሃልን እዩ። ብዙኅ ዘመን ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ እምበር። እዚ ድማ ትሸዓተ ወርኀን ሓሙሽተ መዓልትን ምዕናስ፡ ምውላድ፡ ካብ ኣጥባት ጸባ ምጥባው፡ በብንእሽቶ ምዕባይ፡ ብብዝኅ ዓመት ጕበዝ ምኻን፡ 12 ዓመት 30 ዓመት ኮይንዎ ምባል እዩ። በዚ ዝተገብረ ኵሉ ካብ ባህርይና ብሓቂ ሰብ ምኻኑ ንከረድእ እዩ።
፲፫ አኮ ዘንተ ባሕቲቶ ዘገብረ አላ ለሥጋሁኒ ዘረሰዮ ድልወ ይትወከፍ ሕማማተ ህላዌ ዘውእቱ ረኀብ ወጽምእ ወድካም እምሐዊረ ፍኖት ወእምድኅረ ሕማማቲሁሰ ወሞቱ ማሕየዊት ዘበመስቀል ውእቱሰ ይገብር ተአምራተ ወመንክራተ ዘይትሌዐል እምኵሉ ልቡና ወይትዐደው እምኵሉ ነገር ወንባብ እንዘ ለሊሁ ቃል ከሃሊ መጠወ ሥጋሁ ዘተዋሐደ ቦቱ ለሕማም ወለኵሉ ግብር ውእቱ ክመ በመንክራትኒ ወበሕማማትኒ ወተመሰለ ኪያነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ።	13 እዚ ጥራይ ኣይኮነን ዝተገብረ። ሓደ ኣካል ብምኻን ነቲ ምስኡ ከምዝዋሓድ ዝገበሮ ሥጋኡ ውን ገንዘቡ ዝኾነ ሕማም ክቕበል ከምዝግብኦ ገበሮ እምበር። እዚ ድማ ጥሜት ጽምእን መገዲ ብምኻድ ድኻምን እዩ። ድኅሪ'ቲ ኣብ መስቀል ዝኾነ ሕማሙን ዘድኅን ሞቱን ድማ ንሱ ልዕሊ ብቃል ምዝራብን ብልቢ ምሕሳብን ዝኾነ ዘደንቕ ግሩም ተኣምራት ይገብር ነበረ። ንሱ ኻኾሉ ዝኽእል ቃል እንከሎ ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋኡ ንሕማምን ንኵሉ ሥራሕ ሰብነትን ኣኅሊፉ ሃበ። ኣብ ጊዜ ተኣምራት ምግባር ኮነ መከራ ምቕባል ንሱ ኵሉ ሳዕ ንሱ እዩ። ብዘይካ ኃጢኣት ንሱ ብኵሉ ሥራሕ ንኣና መሰለ።
፲፬ ወኢይትፈለጥ በምንትኒ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት እም ቅድመ ተዋሕዶ ወእምድኅረ ተዋሕዶ ወዘይቤ ከመ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ናሁ አግሀደ ፪ተ አካላተ እሙነ ወአካላትኒ ይከውና ፪ተ እንበለ ኑፋቄ በከመ መሀረነ ብፁዕ ቄርሎስ በቀዳሚ መልእክቱ ኀበ ሶክሲስ እንዘ ይብል እስመ እምድኅረ ተዋሕዶ ኢንፈልጦ ህላዌያተ በበይናቲሆሙ ወኢንፈልጦ ለ፩ዱ ዘኢይትፈለጥ ኀበ ፪ቱ ወህላዌያትሰ ዘኮነ እምኔሆሙ እግዚአብሔር ቃል አካላት እሙንቱ ወአኮ ህላዌያት ዘዘዚአሆሙ።	14 ቅድሚ ተዋሕዶ ኮነ ድኅሪ ተዋሕዶ ብዝኾነ ነገር ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ኣይክፈልን እዩ። ነቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ክልተ ባህርያት ከምዘለዎ ዝተዛረበ፡ እንሆ ክልተ ኣካላት ተዛረበ፡ ኣካላት ውን ብዘይጥርጥር ክልተ ይኾኑ። ከምቲ ቅዱስ ቄርሎስ ናብ ሶክሲስ ኣብ ዝለኣኾ ቀዳማይ መልእኽቱ፡ 'ድኅሪ ተዋሕዶ ንባህርያት በበይኖም ኣይንፈላልዮምን ኢና። ነቲ ዘይክፈል ሓደ ውን ናብ ክልተነት ኣይንኽፍሎን ኢና' ክብል መሃረና። እቶም እግዚኣብሔር ቃል ካብኣም ዝተረኽበ ባህርያት ግና ኣካላት እዮም። ህላዌያት ውን ዝተፈላለዩ ኣይኮኑን።
፲፭ ወናሁ ተምህርናሁ ብዙኅ ጊዜያተ እምነ መጻሕፍት መንፈሳውያት ወእምአበዊነ ንጹሓን ወይደልወነ ከመ	15 ካብ መንፈሳውያን መጻሕፍትን ንጹሓን ኣቦታትናን እንሆ ደጋጊምና ተማሂርናዮ ኢና። ነዚ ውን በቲ ዘጽናዕናዮ ኣዘራርባ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፯፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
ናእምር ዘንተ በአምሳል ዘናነብሮ ወዓዲ በአዘክሮ ንስማዕ ዘነበበ ቅዱስ ቄርሎስ በውስተ ሳምን ክፍል እምተነሥሥቱ እንተ ባቲ ሜጠ ስሕትቶ ለእንድራኦስ ጽሉእ እንዘ ይብል ከመዝ ንሕነ በኵሉ ግብር ለእመ ለበውናሁ ለቃል ጎበ ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ዘሰ ውእቱ ቦሙ ህልው ውእቱ ባቲ እሙነ እስመ ያበጽሕ ምስሌሁ ተዋሕዶተ ወየዐቅብ ዘይኤምር ጎቤሁ ወውእቱሰ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ በጎብረት ወኢንብል ከመ ውእቱ ይትፈለጥ ጎበ ፪ቱ።	ክንፈልጥ ይግባእ። ከምኡ ውን ቅዱስ ቄርሎስ ካብቲ መልሲ ዝሃበሉ መጽሓፉ፡ ንስሕተት እቲ ጽሉእ እንድራኦስ ውን ኣብ ዝተቓወመሉ ሻሙናይ ክፍሊ ከምዚ ክብል ዝተዛረቦ ብምስትውዓል ንስማዕ፥ 'ንሕናስ ብኵሉ ሥራሑ ቃል፥ ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ካብ ፈለጥና፡ ኣምላኽ ሰብ ብምኻኑ፡ ብዘይ ብእኡ ብሓቂ ብዘይምልዋጥ ጸኒዑ ዘሎ እዩ። ብዘይምልዋጥ ንተዋሕዶ የጽንዕ። እቲ ናብ ተዋሕዶ ዝመርሕ ውን ንዘይ ምልዋጥ ይሕሉ እዩ። ንሱ ብተዋሕዶ ሓደ ዝኾነ እዩ። ናብ ክልተነት ይኽፈል እዩ ኣይንብልን።'
፲፮ ወካዕበ ይቤ ከመዝ ውስተ ክፍል ዳግም እንዘ ይመይጥ ሕጸቶ ለታኦድሪጣ ንሕነሰ ንብል ከመ ተዋሕዶ ዘኮነ እምኔሁ በኣካል ኢያኤምር ምንተኒ ካልኣ ዘእንበለ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ውእቱ እግዚኣብሔር ቃል።	16 ደጊሙ ውን ንክሕደት ታኦድሪጣ ክቃወም ከሎ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ከምዚ ይብል፥ ' ንሕናስ፡ እቲ ካብኡ ኣካላዊ ብምኻን ዝተረክበ ተዋሕዶ፡ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ የረድኣና እምበር፡ ካልእ ዝኾነ ከም ዘየረድእ ንነግር። '
፲፯ ወካዕበ ይቤ ውስተ መልእክቱ እንተ ጸሐፈ ጎበ አፋፍዮስ መሊጣዊ እንዘ ይብል ከመዝ ወጎበኒ ዝንቱ ይደልወነ ናእምር ፍልጠተ ህላዌያት ዘውእቶሙ አካላት ንሕነሰ ናአምር ጥዩቀ ከመ ህላዌያተ እግዚኣብሔር ቃል እለ ተዋሐዱ እሙነ መለኮት ወትስብእት በኢቱሳሔ ወእሙንቱ አካላት ወአኮ ህላዌያት እምዘዚአሁ አንጋድ።	17 ከምኡ ውን ናብ ናይ መሊጦን ሰብ ኣፋፍዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእክቱ ከምዚ ክብል ተዛረበ፥ ' ተዋሕዶ ካብ በለ ጥንቱ ንባህርያት ማለት ኣካላት፥ ፍሉይ ምኻኖም ክንፈልጥ ይግብኣና። ብሓቂ እቶም ዝተዋሓዱ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባህርያት መለኮትን ትስብእትን ብዘይ ምትሕውዋስ ከምዘለዉ ንፈልጥ ኢና። እዚኣቶም ውን ኣካላት እዮም። ባህርያት ውን ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ዝተረኽቡ ኣይኮኑን።
፲፰ ወለእመኒ ይቤሉ አበዊነ በገጸ መካን እስመ ህላዌ ውእቱ አካል ወባሕቱ እስመ ህላዌያት ይበዝኑ እም፩ዱ ህላዌ እስመ ስመ ህላዌ ይትበሀል በእንተ ክዋኔ ወአካል ወክዋኔሂ ይትበሀል ከመ ውእቱ ህላዌ ዘያስተጋብእ ኵሎ ወአካልሰ ዘ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ወክዋኔሂ ያጤይቅ በእንተ አስተጋብኦ ባሕቲቱ ዘእምኔሁ ይከውን አካል በሥርዓቱ ወህላዌኒ በሥርዐታ እንተ ይእቲ ክፍልት በመልክዐ ዚአሃ ወስማኒ ዘበገጽ።	18 ዋላ እኳ ኣቦታትና፥ ህላዌ ማለት ኣካል ከምዝኾነ ኣብ ዓንቀጸ መጽሓፍ እንተ ተዛረቡ፡ እንተኾነ ግና ህላዌያት ካብ ሓደ ህላዌ ይበዝኑ። ከመይ ስመ ህላዌ ንክዋኔን ንኣካልን ይንገር እዩ። ክዋኔ ውን ንኵሉ ሓደ ከምዝገብር ይንገር እዩ። ኣካል ግና ናይ ሓደ ህላዌ ከምዝኾነ ይንገር። ክዋኔ፡ ነቲ ኣካል ብሥርዓቱ ካብኡ ዝርከብ ሓድነት ጥራይ የረድእ። ህላዌ ድማ ብሥርዓታን መልክዓን ምድብቲ እያ፡ ስማ ውን ብኣካል ተፈልዩ ዘሎ እዩ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፯፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
፲፱ ወበእንተዝ ንቤ በእንቲአሁ ዘከመ ይቤሉ አበዊነ ንጹሐን እስመ ህላዌያትሰ ይበዝኑ እም፩ዱ ህላዌ ወዝ ውእቱ ዘይፈንውዎ መምህራነ ሰብአ ኬልቄዶን በጽርፈቶሙ እንዘ ይብሉ ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት ወህላዌያትኒ እለ እሙንቱ አካላት ውእቶሙሰ ህልዋን ለነ ድኅረ ወከማሁ በእንተ አምላክነ ቃል ዘተሠገወ።	19 ስለዚ ድማ ከምቲ ንጹሓን አቦታትና፡ ህላዌያት ካብ ሓደ ህላዌ ከም ዝበዝኑ ዝተዛረቡ፡ ብዛዕባኡ ንዛረብ ኣሎና። 'መምህራን ኢና' ዝብሉ ሰብ ኬልቄዶን ቡቲ ክሕደቶም 'ክልተ ባህርይ እዩ። ኣካላት ዝተባህሉ ህላዌያት እዮም። ንሳቶም ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ብዘይ ምልዋጥ ኣለዉና፡ ብዛዕባ እቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ውን ከምኡ እዩ' ብምባል ዝልእክዎ እዚ እዩ።
፳ ናሁ መህረነ ዓቢይ አትናቴዎስ በድርሳኑ ዘነበበ በእንተ ክዋኔ እግዚ አብሔር ቃል ሰብአ ይቤ እስመ ሥጋ ክፉል ውእቱ እምእግዚአብሔር ቃል በእንተ ትሥጉቱ ወበእንተ ከሢኖቱ ፩ደ ገጸ እስመ ክዋኔሁ ለሰብእ ውእቱ እምግባራት እለ ኢይትማሰሉ በበይና ቲሆሙ ወኢየኀብሩ ወቃልኒ ኢየኀብር ምስለ ሥጋ በከመ ኢተኀብር ነፍስ ምስለ ሥጋ እንዘ ብእሲሁ ፩ዱ ውእቱ እምነ ነፍስ ወሥጋ ወ፩ዱ ገጽ እምዘኢየኀብሩ ግብራት።	20 እንሆ እቲ ዓቢይ ኣትናቴዎስ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ ክብል ምሃረና፥ 'ሥጋ ግዙፍ ውሱን ስለዝኾነ ምስ እግዚኣብሔር ቃል ኣይተሓዋወሰን። ተፈጥሮ ሰብ ካብ ነሓድሕዶም ዘይመሳሰሉን ዘይሓብሩን ነገራት እዩ። ከምቲ ሰብ፥ ካብ ነፍስን ሥጋን ዝተረኽበ ሓደ፡ ካብ ዘይሓብሩ ነገራት ውን ዝተረኽበ ሓደ ኣካል እንከሎ ነፍሲ ምስ ሥጋ ዘይትተሓዋወስ፡ ከምኡ ድማ ቃል ምስ ሥጋ ኣይተሓዋወስን እዩ' በለ።
፳፩ ወለእመቦ ዘይቤ ከመ ለእግዚአብሔር ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ መለኮት ምስለ ትስብእት ናሁ ተአመነ ከመ ውእቱ ፪ቱ አካላት ወ፪ቱ ገጻት እንበለ ምክንያት ወመኑ ውእቱ ዘኢይከውን ስምዐ ከመ ፪ቱ አካላት ፩ዱ እሙንቱ ወዘኒ ደወየ በስሕተተ ነቢብ ከመ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ኢኮነ አሐደ አካለ ወኢ ፩ደ ህላዌ ወባሕቱ ይብል ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት ያእምር እስመ ዝንቱ ግብር ያጌብሮ ከመ ይበል ቦቱ ለእግዚአብሔር ቃል ፫ቱ አካላት።	21 መለኮት ምስ ትስብእት ድኅሪ ምውሕሓዱ ንእግዚኣብሔር ክልተ ባህርያት ከምዘለዎ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ፡ እንሆ ብዘይ ምኽንያት ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ከምዝኾነ ይኣምን እዩ ዘሎ። ክልተ ኣካላት ሓደ ከምዝኾኑ ዘይዛረብ ካብ ሊቃውንቲ መን እዩ፡ እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ከምዘይኮነ ብዘረባ ዝሰሓተ፡ ከምኡ ውን ክልተ ባህርያት ከምዝኾነ ዝዛረብ ሰብ፡ ንሱ እቲ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝበሎ ናብ ‹እግዚኣብሔር ቃል ሠለስተ ኣካላት ኣለውዎ› ንኽብል ዘገድዶ ምኻኑ ይፍለጥ።
፳፪ ወዘንተኒ ንባበ ይቤ መዋዒ ምቅላስዮስ ኤጲስቆጶስ ዘስንድያ ውስተ መልእክቱ እንተ ጸሐፈ ኀበ ልዮን ንጉሥ አመ ዘከረ ህላዌ ህየንተ አካል ይቤ ከመዝ እመሰ ዝንቱ ግብር ይደሉ ለእግዚአብሔር ከመ ይዘከር ፩ደ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ወካልእ ህላዌ	22 ንህላዌ ኣካል ኣብ ዝብሉሉ ጊዜ ናብ ንጉሥ ልዮን ጽሒፉ ኣብ ዝለኣኻ መልእኽቱ ኣእምሮኡ ዝረቐቐ ናይ ስንድያ ኤጲስቆጶስ ምቅላስዮስ ነዚ ነገር'ዚ ተዛረበ ከምዚ ኸኣ በለ፥ 'ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ማለት እቲ ሓደ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ባህርይ፡ እቲ ካልኣይ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፶፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
ዘትስብእት ዘኮነ ቦቱ ተዋሕዶ ወገሃደ ይኄልቀኦሙ ፪ቱ ወይከሥትዎ ለትስብእት ፍሉጠ እምህላዌ እግዚአ ብሔር ወበዕበደ ሕሊናሆሙ ይብሉ ኢይደልዎ ለትስብእት ይትዐረይ ክብረ ምስለ መለኮት እንከሰ ይፈልጥዎ ለዝንቱ ኀበ ፫ቱ ዘከመ ርኵሰተ ዋሊጦስ ዘገብረ ፫ተ ህላዌያተ ፩ዱ ምድራዊ ወካልኡ ዘነፍስ ወሣልሱ መንፈሳዊ።	ድማ ናይ'ቲ ተዋሕዶ ዝፈጸመሉ ሥጋ ባህርይ ተባሂሉ ተፈልዩ ንእግዚአብሔር ክንገር ዝግባእ ካብ ኮነ፥ ብግልጺ ውን ክልተ ጌሮም ካብ ዝቐጸርዎም፥ ንትስብእት ውን ካብ ባህርይ እግዚአብሔር ካብ ፈለይዎ፥ ብድንቑርና ልቦም ከኣ ሥጋ ብኽብሪ ምስ መለኮት ሓደ ክሽውን ኣይግብኦን እዩ ካብ በሉ፥ እምበኣር ሓደ ናይ ሥጋ፥ ካልኣይ ናይ ነፍሲ፥ ሣልሳይ ድማ ናይ መለኮት ኢሉ ሠለስተ ጌሩ ሠለስተ ባህርያት ከምዘሎ ከም ክሕደት ዋሊጦስ፥ ነቲ ሥግው ቃል ናብ ሠለስተ ይኸፍልዎ ኣለዉ ማለት እዩ።
፷፫ ወቦኑ ይቤሉ እለ ይትቃረኑነ እፎኑ ይደሉ ይኩኑ ፪ቱ ህላውያት ህልዋን እንበለ ድማሬ ወኢቱሳሔ ወንሕነኒ ናወሥኦሙ እንዘ ንብል ኦ ሰብእ ጎሠ ይእዜ ወተሰአሉ እምአበዊነ ለባስያነ እግዚአብሔር ወአእምሩ እስመ ህላዌ ይትበሀል በገጸ መካን ቦ ኀበ ይትበሀል ህየንተ ፩ዱ አካል ዘትስብእት እምሥርዓተ እለ ኢየኀብሩ በበይናቲሆሙ ወካልእኒ ህየንተ ፩ዱ ህላዌ መንፈሳዊ ቀዳማዊ ዘአልቦቱ ሥጋ ዘውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘበደኃሪ መዋዕል ኮነ ሥግው በሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት።	23 ብሓቂ እዞም ዝከራኸሩና ሰባት፥ ‘ክልተ ባህርያት ብዘይ ምትሕውዋስን ብዘይ ምጥፍፋእን ከመይ ኢሎም ክነብሩ ይከኣል፡’ ይብሉ ይኾኑ። ንሕና ድማ ኣቱም ሰባት ኣብ ዓንቀጸ መጽሓፍ፥ 'ህላዌ' ንዝተፈላለየ ወገን ባህርይ ከም ዝንገር፥ ካብቶም እግዚአብሔር ዝኃደሮም ኣቦታትና ሎሚ ደጋጊምኩም ሓቲትኩም ተረድኡን ፍለጡን ኢልና ንምልሰሎም። ቦቲ ነሓድሕዶም ዘይሓብሩ ነፍስን ሥጋን ሓደ ዝኾኑሉ ሥርዓት፥ ብዛዕባ ሓደ ኣካል ብዛዕባ'ቲ ባህርየ ትስብእት ዝንገረሉ ቦታ ኣሎ። ካልኣይ ድማ ብዛዕባ'ቲ ግዘፍ ዘይብሉ ብዛዕባ ሓደ ቀዳማዊ ባህርየ መለኮት ዝንገረሉ ኣሎ። እዚ ኸኣ ብዳጎራይ ዘመን ነባቢት ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ወሲዱ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል እዩ።
፷፬ ወትሥጉቱሂ በ፩ዱ አካል እንበለ ቱስሕት በሥጋ ዘይትማሰል ሥጋ ዚአነ ወሐማሚ ከማነ ተወልደ እምድንግል ንጽሕት በኵሉ ጊዜ ማርያም ወላዲተ አምላክ ወኢያማሰነ በልደቱ ማኅተመ ዐንቀጸ ድንግልናሃ ወበእንተዝ ንቤ ኢኀብረተ ሥርዓተ ህላዌያት በግብር ዘንቡር ለነ በ፩ዱ ህላዌ ዘውእቱ ፩ዱ አካል።	24 ሰብ ምኻኑ ውን ብዘይምትሕውዋስ ሓደ ኣካል ብምኻን እዩ። ከማና ብዝሓምምን ናትና ሥጋ ብዝመስልን ሥጋ፥ ካብታ ኵሉ ጊዜ ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ወላዲተ ኣምላኽ ድንግል ማርያም ተወልደ። ኣብ ዝተወልደሉ ጊዜ ውን ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይለወጠን። በዚ ኸኣ ብዛዕባ ተዋሕዶ፥ ሓደ ባህርይ ብምኻን ጸኒዑልና ብዘሎ ሥራሕ፥ ናይ ክልተ ባህርያት ተዋሕዶ ብዘይ ምትሕውዋስ ምኻኑ ንዛረብ ኣሎና። እዚ ድማ ሓደ ኣካል እዩ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፯፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
፳፭ ወይእዜሰ ኢኮነ መንፈስ ባሕቲቱ አላ ሥግው ውእቱ ወኢንፈልጦ ለዝንቱ ፩ዱ ወልድ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ወኢይትዌከፍ ሥላሴ ንባበ ራብዐየ በከመ ይቤ ዓቢይ አትናቴዎስ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ሃይማኖት እንዘ ይብል ከመዝ ኢይደሉ ናስተላጽቅ ብእሴ ምስለ እግዚአብሔር ወኢይደሉ ይትበሀል ገብር ምስለ እግዚእ ወካዕበ ይቤ ክሕደት ውእቱ እመ ይሬስይዎ ለ፩ዱ እምአካላት ፪ቱ ወይሬስይዎ ለሥላሴ አርባዕተ አካላት።	25 ሕጂ ኸኣ ሥጋ ዝተዋሓደ እዩ እምበር መለኮት ጥራይ ኣይኮነን። ነዚ ሓደ ወልድ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ኣይኽፍሎን ኢና። ሠለስትነት ራብዓይ ቀጽሪ ኣይደልን እዩ። ዓቢይ ኣትናቴዎስ ብዛዕባ ሃይማኖት ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ÷ ' ነቲ ዕሩኞ ብእሲ ምስ እግዚኣብሔር ብጎድረት ሓደ ክንብሎ፡ ባርያ ውን ምስ ጐይታ ሓደ ክበሃል ኣይግባእን እዩ' ከምዝበለ። ደጊሙ ውን 'ካብ ኣካላት ነቲ ሓደ ኣካል ክልተ ካብ ገበርዎ÷ ንሥላሴ ውን ኣርባዕተ ኣካላት ካብ ገበሩ እዚ ክሕደት እዩ' ከምዝበለ።
፳፮ ወካዕበ ይቤ በካልእ መካን ወኢኮነ ወልድ ዋሕድ ፪ቱ ህላዌያተ ለ፩ዱ ዘንሰግድ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ ወባሕቲቱ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ በሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	26 ደጊሙ ውን ኣብ ካልእ ዓንቀጽ÷ 'እቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ዋሕድ÷ ነቲ ሓደ ንሰግደሉ ነቲ ካልእ ዘይንሰግደሉ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይኮነን። እኳ ደኣ እቲ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ዝተዋሓደን ምስ ሥጋ ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉን እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ' በለ።
፳፯ ወንሕነኒ ነአምን በ፩ዱ ወልድ እግዚአብሔር ዘነሥአ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ወውእቱ ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል መለኮት ወትስብእት ወ፩ዱ ግብር ለሊሁ ኮለንታሁ አምላክ ወኮለንታሁ ሰብእ ዘከመ ትምህርት ንጽሕት ዘአበዊነ ንጹሐን ወንቁሓን ዝንቱ ውእቱ ርትዐት ዘበአማን ኀበ ኮሉ ዘይፈቅድ ይትወከፎ ዘእንበለ ቅንአት።	27 ንሕና ድማ ብቲ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ዝተዋሓደ ሓደ እግዚኣብሔር ወልድ ንኣምን። መለኮትን ትስብእትን ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ሓደ ግብሪ እዩ። ከምታ ንጹሓን ኣቦታትና ዝመሃሩዋ ሓቀኛ ትምህርቲ÷ ንሱ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ። ኣብ ኮሉ'ቲ ብዘይ ተንኮል ክቕበል ዝፈቱ ብሓቂ ቅኑዕ ሃይማኖት እዚ እዩ።
፳፰ ወፈድፋደሰ ኀበ ነቅዕ ዘይፈለፍል ዘልፈ ዘውእቱ ነገረ አቡሊዲስ መለኮታዊ ዘአሠርገወ መንበረ ጴጥሮስ ሐዋርያ በንባብ ልዑለ ስንዕ እስመ ውእቱ ይሰብክ ከመዝ ወይብል እስመ መጻሕፍተ እግዚአብሔር ያጤይቁነ ከመ እግዚአብሔር ቃል ምስለ ሥጋ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ግብር ወ፩ዱ ገጽ ውእቱ ለሊሁ ኮለንታሁ እግዚአብሔር ወለሊሁ ኮለንታሁ ሰብእ ወ፩ዱ ውእቱ ክመ።	28 ብዝያዳ ድማ ናብቲ ኮሉ ጊዜ ክፍልፍል ዝነብር ፈልፋሊ ንመልከት። እዚ ድማ ብቲ ረቂቕ ምሥጢር ትምህርቲ ንመንበር ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ዘኽበረ፡ ኣምላኽ ዝኃደሮ ኣቡሊዲስ ናቱ ትምህርቲ እዩ። ከምዚ ኢሉ ስለዝምህር÷ እቶም እግዚኣብሔር ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ÷ እግዚኣብሔር ቃል ምስ ሥጋ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ግብሪ ሓደ ገጽ ከምዝኾነ፡ ከምዘረድኡና ስለዝነግር እዩ። ንሱ ፍጹም ኣምላኽ እዩ፡ ንሱ ፍጹም ሰብ እዩ። ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፺፱	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 99
፳፱ ወዓዲ ፈነወ ኀበ ዲዮናስዮስ እንዘ ይብል እመሰ ዘተወልደ እምድንግል ንጽሕት ተሰምየ ፩ደ ወዘሰ ህልው ውእቱ ቦቱ ኵሉ ኮነ እምኔሁ እንከሰ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ወበእንተ ተዋሕዶተ ገጹ ኢይትፈለጥ ኀበ ፪ቱ።	29 ከምኡ ውን ከምዚ ኢሉ ናብ ዲዮናስዮስ ለኣኸ፥ እቲ ካብ ንጽሕቲ ድንግል ዝተወልደ 'ሓደ እዩ' ካብ ተባህለ፡ ብናቱ ቃልነት ተፈጢሩ ዘሎ ኵሉ ውን ካብኡ ዝተረኽበ ካብ ኮነ፥ እምበኣር ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ። ሓደ ኣካል ስለዝኾነ ውን ናብ ክልተ ኣይክፈልን እዩ።
፴ ወካዕበ ይቤ እስመ ያጌብሮሙ ለእለ ይብሉ ፪ተ ህላዌያተ ከመ ይበሉ ለ፩ዱ ንሰግድ ወለካልኡ ኢንሰግድ ወከመ ይጠመቁ በዘመለኮት ወኢይጠመቁ በዘትስብእት እመሰ ንጠመቅ በሞተ እግዚእነ ንሕነሰ ንትአመን በ፩ዱ ህላዌ መለኮት ዘኢየሐምም ወትስብእት ዘየሐምም ከመ ትኩን ጥምቀትነ ከመዝ በእግዚአብሔር ወትትፈጸም በሞተ እግዚእነ።	30 ደጊሙ ውን እቶም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝብሉ ሰባት፥ ኑቲ ሓደ ንሰግድ ኢና ኑቲ ካልእ ግና ኣይንሰግድን ኢና ክብሉን፡ ብስም መለኮት ንክጥመቑ ብስም ትስብእት ከኣ ንከይጥመቑን ክግደዱ እዮም።ብሞት ጐይታና ንጥመቅ (ንኽብር) ካብ ኮነ፡ ንሕና ምኽባርና (ጥምቀትና) ከምዚ ብእግዚአብሔር ምእንቲ ንኽትከውንን ብሞት ጐይታ ንኽትፍጸምን፥ እቲ ዘይሓምም መለኮትን እቲ ዝሓምም ትስብእትን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንኣምን በለ።
፴፩ ወእመኒ ሐመ በሥጋሁ ዘተዋሐደ ቦቱ በ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ እንበለ ማኅለቅት እስከ ለዓለም ወቦቱ ሞተ ዳእሙ መለኮትሰ ኢተወክፈ ሕማማተ በህላዌሁ በከመ ይሔልዩ ሰብእ አብዳን እስመ መለኮት ኢየሐምም ወህላዌሁኒ ኢይትዌከፍ ሕማመ በከመ ይቤ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ይቤ ናሁ ሞተ ሥጋ ህላዌሁ ለክርስቶስ ህላዌ ዘኮነ እምነ መለኮት ወትስብእት ።	31 ዋላ እኳ ቦቲ ክሳዕ ዘለዓለም ብዘይ ምፍላይ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ዝተዋሓዶ ሥጋ እንተሓመመን ብእኡ እንተ ሞተን፥ ከምቲ ዓያሹ ሰባት ዝብልዎ መለኮት ብባህሪኡ መከራ ኣይተቐበለን፡ ምኽንያቱ መለኮት ስለዘይሓምምን ብባህሪኡ ሕማም ስለዘይሰማምዖን እዩ። ከምቲ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ዓቢይ ሳዊሮስ፥ 'እቲ ናይ ክርስቶስ ባህርይ ካብ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ዝኾነ ባህርይ ብምኻኑ እንሆ ሞተ' ዝበሎ እዩ።
፴፪ ወካዕበ ነአምን ከመ ውእቱ ሞተ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት ወሥጋሁኒ ኢይማስን ወኢየሐምም ወኢይመውት በእንተ ግብረ ትንሣኤ ወዐርገ ውስተ ሰማያት እንዘ ይትዋሐድ ሥጋሁ ምስሌሁ ወነበረ በየማነ ዕበዩ ውስተ አርያም ወካዕበ ለሊሁ ይመጽእ በስብሐቲሁ በትንሣኤ ዘጉባኤ ከመ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ ወበእሉ ቃላት ጽኑዓን ንሕነ ዘእንበለ አንቀልቅሎ።	32 ከምኡ ውን ንሱ ከምዝሞተ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ውን ከምዝተንሥአ፡ ስለዝተንሥአ ድማ ሥጋኡ ዘይፈርስን ዘይብስብስን ዘይሓምምን ዘይመውትን ከምዝኾነ ንኣምን ኢና። ሥጋኡ ውን ምስኡ ሓደ ኮይኑ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ ኣርያም ኣብ ልዑል ዙፋኑ ድማ ተቐመጠ። ዳግማይ ውን ኣብቲ ኵሉ ሓደ ኮይኑ ዝትንሥኣሉ ጊዜ (ትንሣኤ ዘጉባኤ)፥ ኣብ ምዉታንን ሕያዋንን ኺፈርድ ንሱ ብጐይትነቱ ኪመጽእ እዩ። ንሕኑ ከከም ግብሩ ኪኸፍሎ እዩ። ንሕና ድማ በዞም ቃላት እዚኣቶም ከይተወላወልና ጸኒዕና ክንነብር ኢና።

❖ ❖ ❖

ዘሚናስ ም፣ ፪	ዘሚናስ ም፣ 100
ምዕራፍ ፪ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 100 ክፍሊ 1**
፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ ሚናስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ ጎበ አብ ንጹሕ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት አቡነ ሚናስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ንጹሕ አባ ዮሓንስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥
፪ ንሕነሰ እንዘ ጽኑዓን በርትዕ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ ሥሉስ ስቡሕ ወቅዱስ ፫ቱ አካላት ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ ምልክና ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ ሥምረት ወአሐቲ ሥልጣን ፩ዱ ምግባር ወአሐቲ ተሰናዕዎ ወ፩ዱ ህላዌ መለኮታዊ።	2 ንሕናስ ብቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒዕና፥ በቲ ምስጉን ቅዱስን ሥሉስን ሓደ ኣምላኽ ዝኾኑ ብአብን **ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንኣምን። ሠለስተ ኣካላት ሓደ መለኮት እዮም። ሓደ ግዝኣት ሓደ ኃይሊ ሓደ ፍቓድ ሓደ ሥልጣን ሓደ ሥራሕ ሓደ ህልውና ሓደ ኣምላኻዊ ባህርይ እዩ።
፫ በከመ መህረነ ቅዱስ ጳውሎስ ሐዋርያ ውስተ መልእክቱ ጎበ ሰብአ ቆሮንቶስ እንዘ ይብል አልቦ አምላክ ዘእንበለ ፩ዱ አምላክ እስመ ይዜክሩ ስመ አማልክት ብዙኃን እመኒ ዘውስተ ሰማይ ወእመኒ ዘውስተ ምድር ወለነሰ አልብነ አምላክ ዘእንበለ ፩ዱ እግዚአብሔር አብ ዘእምኔሁ ኵሉ ወንሕነ ለሙቱ ወ፩ዱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወንሕነ ቦቱ ወመንፈስ ቅዱስ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ። ፩ቆሮ ፰፡፭-፮።	3 ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ 'ዋላ እኳ ኣብ ሰማይ ኮነ ምድሪ ካብ ዘሎ ፍጥረት ብዙኃት ኣማልኽቲ ተባሂሎም እንተተጸውዑ፣ ብዘይካ እቲ ሓደ ኣምላኽ ካልእ ኣምላኽ የልቦን' ክብል ከምዝመሃረና፥ ንኣና ድማ ብዘይካቲ ንእኡ ንምግልጋል ዝተፈጠርና ሓደ እግዚኣብሔር **አብ**፣ ኵሉ ብናቱ ሥልጣን ዝተፈጥረ ንሕና ውን ብናቱ ሥልጣን ዝተፈጠርና ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ከምኡ ውን ብዘይካቲ ኵሉ ዝተፈጥረሉ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ካልእ ፈጣሪ የብልናን። 1ይ ቆሮ 8፡5-6።
፬ ሥሉስ ንጹሕ ስንዕው በመለኮት ኢፍጡር በአሐቲ ክብር ወበ፩ዱ መለኮት ወበ፩ዱ ምልክና ገባሬ ኵሉ ወይሰመይ ፫ተ።	4 ብኣካል ሠለስተ፣ ንጹሐ ባህርይ ብመለኮት ሓደ እዩ። ዘይተፈጥረ እዩ። ብሓንቲ ክብሪ፣ ብሓደ መለኮትን ብሓደ ኣገዛዝኣን ንኵሉ ዝፈጠረ እዩ። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ተባሂሉ ይጽዋዕ።
፭ ወነአምን ቦሙ በተዋሕዶ እንዘ ሊሉያን በአካላት ዘእንበለ ቱስሕት ፩ዱ ህላዌ መለኮት ዘኢይትፈለጥ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ይሰመዩ ፫ተ አካላተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወይትአመሩ በህላዌ መለኮት ከመ ንጹሐን እሙንቱ እምኵሉ ፍልጠት ወጕልቍ ፍሉጣን በአካላተ መለኮት እንዘ ፩ዱ ህላዌሆሙ ወምሥጢሮሙ መንክር ፩ዱ ግብሮሙ	5 ብዘይ ምትሕውዋስ ብኣካል ሠለስተ ክኾኑ ከለዉ ሓደ ኢልና ንኣምኖም። ባህርየ መለኮት ዘይክፈል ሓደ እዩ።ሥሉስ ቅዱስ ብሠለስተ ኣካላት **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ተባሂሎም ይጽውዑ። ብባህርየ መለኮት ግና ካብ ኵሉ ምኽፋልን ምቑጻርን ዝረሓቐ ከምዝኾኑ ይፍለጡ። ባህሪኦም ሓደ ክኸውን ከሎ ብጕይትነት ዘለዎም ኣካላት ግና ፍሉያት እዮም። ምሥጢሮም ውን ዘይምርመር እዩ።

ዘሚናስ ም፡፻	ዘሚናስ ም፡100
ወ፩ዱ መለኮቶሙ ወ፩ዱ መንግሥቶሙ ወ፩ዱ ምልክናሆሙ እንበለ ቱስሕት ወኢውላጤ።	ሥራሐም ሓደ እዩ፡ መለኮቶም ሓደ እዩ፡ መንግሥቶም ሓደ እዩ፡ ግዝኣቶም ውን ሓደ እዩ። ምትሕውዋስ ኮነ ምልውዋጥ የብሎምን።
፮ ወአኮ ተሰምዮተ አካላት ግብር ከንቱ ሶበ ንሰምዮ ለአብ አበ በእንተ ከመ ፩ዱ ወላዲ ወወልድኒ ዘተወልደ እምአብ ወመንፈስ ቅዱስኒ ወፅአ እምአብ ወህላዌሰ ንጹሕ ኢኮነ ፍሉጠ በእንተ ተሌልዮ ገጻት ከመ በእንቲአሆሙ ኢነሐሊ ሠለስተ ህላዌያተ እስመ ለህላዌ አልቦቱ ጎልቀኑ በከመ ንቤ እስመ መለኮት ቅዱስ እንዘ ኢይትፈለጥ ፍጹም በአካላት እንበለ ሕፀት።	6 ሓደ ኣቦ ብምኻኑ ንአብ ወላዲ እንተ በልናዮ፡ ከምኡ ውን ወልድ ካብ አብ ተወልደ፡ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብ አብ ሠረፀ እንተ ተባህለ፥ ናይዞም ኣካላት መጸውዒ ስም ከንቱ ኣይኮነን። ኣካላት ሠለስተ ስለ ዝኾኑ እቲ ንጹሕ ባህርይ ኣይክፈልን እዩ። ‹ኣካላት ሠለስተ እዮም› ስለዝበልና ኸኣ ባህርያት ውን ሠለስተ እዮም ኢልና ከይንሓስብ። ምኽንያቱ ባህርይ ክልተ ሠለስተ ኣይበሃልን እዩ። ከምቲ ዝበልናዮ ጽኑዕ መለኮት ከይተኸፍለ ብዘይ ሕጸጽ ብኣካላት ፍጹም እዩ።
፯ ወይከውነነ ስምዐ በዝንቱ ነገር ኮከብ ብሩህ ማሪ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በዳግም ድርሳኑ ዘደረሰ እንዘ ይትዋሥአ ለአግራማፍስ ቂሣርያዊ በዐለ ስም ሕሱም ወይቤ እስመ ፩ዱ መለኮት ዘቦቱ አካላት በ፩ዱ ክብር ወለህላዌ መለኮተ ሥላሴ ኢይረክቦ ሕፀት ወመለኮትኒ ይትዐወቅ ከመ ውእቱ ያንብር ሠለስ ቲሆሙ ወዘይትአመር በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአኮ ውስተ መለኮት ውላጤ ወተውሳክ ወታሕፃፅ።	7 እቲ ብሩህ ኮኾብ ዓቢይ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ፥ ነቲ በዓል ክፉእ ስም ናይ ቂሳርያ ሰብ ኣግራማፍስ ክከራኸሮ ከሎ ኣብ ዝተዛረቦ ካልኣይ ድርሳኑ፡ በዚ ነገርዚ ምስክር ይኾነና እዩ። ናይዞም ብሓደ ኽብሪ ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት መለኮት ሓደ እዩ። ባህርየ ሥላሴ ሕጸጽ የብሉን። መለኮት ውን ነቶም ሠለስተ ሓደ ከምዝገብር ይፍለጥ። እቲ ዝፍለጥ ድማ **ብአብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ** እዩ። ኣብ መለኮት፥ ምብዛኅ ኮነ ምንካይን ምልዋጥን የልቦን።
፰ ወአካላትሰ እስመ አካለ አብ ካልእ እምአካለ ወልድ ወእምአካለ መንፈስ ቅዱስ ወአካለ ወልድኒ ካልእ እምአካለ አብ ወእምአካለ መንፈስ ቅዱስ ወአካለ መንፈስ ቅዱስኒ ካልእ እምአካለ አብ ወእምአካለ ወልድ ወበመለኮትሰ ህልዋን እሙንቱ እምቀዲሙ በአሐቲ ክብር እንበለ ውላጤ።	8 ኣካላት ግና፥ ናይ አብ ኣካል ካብ ናይ ወልድ ኣካልን ካብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካልን ፍሉይ እዩ። ናይ ወልድ ኣካል ውን ካብ ናይ አብ ኣካልን ካብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካልን ፍሉይ እዩ። ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ድማ ካብ ናይ አብ ኣካልን ካብ ናይ ወልድ ኣካልን ፍሉይ እዩ። ብመለኮት ግና ንሳቶም ካብ ጥንቲ ብዘይ ምልውዋጥ ብሓንቲ ኽብሪ ዘለዉ እዮም።
፱ አብ ህልው እንበለ ጥንት ወኢተወልደ እምነ መኑሂ ወበእንተዝ ይሰመይ አበ ዘበአማን ወወልድኒ ተወልደ እምአብ ዘእንበለ ጥንት እምቅድመ ዓለም ከመ ብርሃን ዘእምብርሃን ዘያበርህ እምኔሁ ዘእንበለ ፍልጠት ወውእቱ ብርሃን	9 አብ ጥንቲ ዘይብሉ እዩ፡ ካብ ዋላ ሓደ ውን ኣይተወልደን። ስለዚ ኸኣ ናይ ባህርይ ኣቦ ይበሃል። ወልድ ውን ዓለም ከይተፈጥረት ጥንቲ ከይሃለዎ ካብ አብ ተወልደ። ብርሃን ካብኡ ከይተፈለየ ካብ ዘብርህ ብርሃን ከምዝርከብ፡ ንሱ እቲ ዘይምርመር

ዘሚናስ ም፡፮	ዘሚናስ ም፡100
ዘኢይትገሠሥ እምብርሃን ዘኢይት ገሠሥ መንፈስ ቅዱስኒ ህልው እምአብ እንበለ ጥንት እምቅድመ ዓለም አኮ ውእቱ ተወላዲ ከመ ወልድ አላ ወፅአ እምአብ።	ብርሃን ከአ ካብቲ ዘይምርመር ብርሃን ተረኽበ። መንፈስ ቅዱስ ውን ጥንቲ ከይሃለዎ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ካብ አብ ተረኽበ። ካብ አብ ሠረፀ እምበር ከም ወልድ ኣይተወልደን።
፲ ወይእዜሰ ነበብነ ዘንተ ጎዳጠ እምብዙኅ ቅድመ ቅድስናክሙ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ዘከመ ተምህርነ እምጎበ አበዊነ እለ ጎተሙ ድጎረ ነቢያት ወሐዋርያት ወከማሁ ነአምን ወንትመየጥ እንከ ጎበ ትስብእቱ ለፍዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል።	10 ሕጂ ኸአ ካብቶም ድጎሪ ነቢያትን ሓዋርያትን ዝተንሥኡ ኣቦታት ከም ዝተመሃርናዮ፥ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ አብ ቅድሚ ፈላጥ ሰብኣትኩም ካብቲ ብዙኅ ነዚ ጒደት ተዛረብና። ከምኡ ውን ብኣካል ሠለስተ፡ ብባህርይ ሓደ ኢልና ኣሚንና፥ ናብቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚአብሔር ቃል ናይ ሰብ ምኻኑ ነገር ናብ ምዝራብ ንምለስ።
፲፩ ወንከሥት ነገረ አበውናከ ቅዱስ ወብፁዕ እንዘ ንትጋደል ወንትጌበር ንሕነ ወቤተ ክርስቲያናትኒ ቅድስት እንተ ጎቤነ ለፈጽሞ ዝንቱ ዘከመ ሰበኩ ለነ ነአምን በልቡና ወበልብ ንጹሕ ከመ ቃል ቀዳማዊ ወልድ ዋሕድ ዘተወልደ እመለኮተ እግዚ አብሔር አብ ዘቦቱ ይቀውም ኮሉ በብዝኀ ሣህሉ ሶበ ተሣህለ ትዝምደ እጓለ እመሕያው አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ጎቤነ እንበለ ተፋልሶ ወኢፍልጠት እመለኮተ አብ።	11 ከምቲ ኣቦታት ዝመሃሩና፥ ንሕናን እቶም ብኣና ዘለዉ ምእመናንን ክንፍጽሞ እናተጋደልናን እናሠራሕናን ነቲ ፍጹም ምስጉን ኣቦነትካ ነገረ ሃይማኖት ነረድእ። ካብቲ ኮሉ ጸኒዑሉ ዝነብር እግዚኣብሔር አብ ባህርይ ዘእምባህርይ አካል ዘእምአካል ዝተወልደ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ ቃል ብብዝኂ ለውሃቱ ባህርየ ሰብ ይቕረ ክብል ኣብ ዝደለየሉ ጊዜ፥ ካብ ባህርየ አብ ከይተፈልየን ከይተለወጠን ነቲ ልዑል ባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ ሰብ ከምዝኾነ ብምስትውዓልን ብንጹሕ ልብን ንኣምን።
፲፪ ወኃደረ በከርሠ ማርያም ድንግል ንጽሕት ወትረ ወጽሪት እምደመ ድንግልናሃ ወእመንፈስ ቅዱስ ገብረ ሎቱ ሥጋ እጓለ እመሕያዊ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት እንተ ባቲ አእምሮ ወልቡና እምዘርአ አብርሃም ወከመዝ ቃል ሥጋ ኮነ ወኃደረ ላዕሌነ በተዋሕዶተ አካል ወተወልደ በሥጋ።	12 ኣብ ማኅፀን እታ ቅድሚ ፀኒስን ድጎሪ ፀኒስን ድንግል ንጽሕቲ ጽርይቲ ዝኾነት ማርያም ኃደረ። ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ዝተረኽበ፡ ፍጹም ፍልጠት ዘለዎ እትፈል ጥን እትናገርን ነፍስ ዘለዎ ሥጋ ኣዳም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክወሓዶ ድንግልና ካብ ዘለዎ ባህሪኡ ፈጠረ። ብኽምዚ ኸኣ ንባህርይና ባህሪኡ ጌሩ ብተዋሕዶተ አካል ቃል ሥጋ ኮነ፡ ብሥጋ ውን ተወልደ።
፲፫ ወእሙሂ ዓዲ ነበረት በድንግልና ወንሕነ ነአምራ ወነአምን ከመ ወለደት አምላከ ወዘኒ ተወልደ እምኔሃ አምላክ ሥግው ፍጹም በህላዌሁ ወሰብእ ፍጹም ወኪያሁ ነአምር በህላዌሁ ከመ ፍዱ ውእቱ በአካል ወክዋኔ እም፪ቱ	13 ኣደኡ ውን ብድንግልና ጸኒዓ ነበረት። ኣደነታ ውን ንፈልጥ ኢና። ኣምላኽ ከም ዝወለደት ንኣምን ኢና። ካብኣ ዝተወልደ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ድማ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ። ካብ ክልተ ባህርያት ተረኺቡ ብኣካል ብባህርይ ሓደ ከምዝኾነ ንእኡ ብባህሪኡ ንፈልጦ ኢና።

ዘሚናስ ም፣ ፪

ህላዌያት ወእምድኅረ ሥጋዌሁኒ ፩ዱ ወልድ ወአሐዱ እግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወበከመ ፩ዱ ውእቱ መለኮታዊ ወሰብአዊ ከማሁ ፩ዱ ግብሩ ወ፩ዱ ፈቃዱ።

፲፬ ኢነሥአ ሥጋሁ እምህላዌ መለኮት ወኢተወለጠ ህላዌ ሥጋሁ ኀበ ህላዌ መለኮቱ ወባሕቱ ኮነ ሰብአ ከማነ ወሥጋሁኒ ዘገብሮ ነሥአ እምሥጋ ድንግል ንጽሕት ወአኅበሮ ምስለ መለኮቱ በተዋሕዶ ወበጽምረት ዘአልቦቱ ፍልጠት ወሶበ ኮነ ሰብአ ኢተወለጠ እመለኮቱ ወአልቦ ውላጤ ወኢቱስሕት በእለ ኀብሩ በተዋሕዶ ወባሕቱ ጽኑዕ ውእቱ በዘውእቱ ቦቱ ።

፲፭ ወኮነ ሰብአ ከማነ ፍጹመ በዘይደልዎ ለትስብእት ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢይትአመር በ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ በከመ ይቤ ጉባኤ ርኩስ ዘተጋብአ በኬልቄዶን ወሆከ ዓለመ ወኢንብል ከመ ለ፩ዱ መንክራት ወለካልኡ ሕማማት ወባሕቱ ውእቱሰ ለዝንቱ ፩ዱ ።

፲፮ ወውእቱ ክመ አምላክነ ወእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አሐዱ አካል ሥግው ወ፩ዱ ህላዌ ጽሙር ዘወልድ ኮለንታሁ ዘውእቱ ቃል ወሥጋ ወነፍስ ወልቡና ወ፩ዱ ምግባር እስመ አበው ይሰምይዎ በዝየ ለአካል ህላዌ ዘወልድ ባሕቲቱ ወአኮ ውእቱ ህላዌ ዘያነብር ቅድስተ ሥላሴ።

፲፯ ወበእንተዝ ተሠገወ እግዚአብሔር ቃል ወአስተርአየ በዲበ ምድር ወአንሶሰወ ምስለ ሰብእ ወበምጽአቱ ኀቤነ ተፈጸመ ኵሉ ዘነበቡ ነቢያት በእንቲአሁ ወምጽአቱሰ ኀቤነ ኢኮነ ዘእንበለ ሰማዕት።

❖ ❖ ❖

ዘሚናስ ም፣ 100

እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ሓደ ወልድ ሓደ ጐይታ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ሓደ አካል እዩ። ካብ አብ ዝተረኽበን ካብ ድንግል ዝተረኽበን ንሱ ሓደ ከምዝኾነ፣ ከምኡ ኽአ ሥራሑ ሓደ እዩ፣ ፍቓዱ ውን ሓደ እዩ።

14 ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ባህርየ መለኮቱ ኣይወሰዶን። ነቲ ባህርየ ሥጋ ውን ናብ መለኮታዊ ባህርይ ኣይለወጠን። ከማና ደኣ ሰብ ኮነ። ነቲ ፈጢሩ ዝተዋሓዶ ሥጋኡ ውን ካብ ባህርይ ንጽሕት ድንግል ወሲዱ፣ ምፍላይ ብዘይብሉ ብኣካል ብባህርይ ተዋሒዱ ምስ መለኮት ሓደ ገበሮ። ሰብ እኳ እንተኾነ ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ኣብቶም ብተዋሕዶ ሓደ ዝኾኑ መለኮትን ትስብእትን ምትሕውዋስ ኮነ ምልውዋጥ የልቦን። እኳ ደኣ ብተዋሕዶ ጸኒዑ ይነብር እምበር።

15 ብዘይካ ኃጢኣት ከምቲ ንሥጋ ዝግባእ ከማና ፍጹም ሰብ ኮነ። ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ናብ ክልተ ኣምሳል ኣይክፈልን እዩ። ድኅሪ ተዋሕዶ ብክልተ ባህርይ ኣይፍለጥን እዩ። ከምቲ ኣብ ኬልቄዶን ዝተኣከበ ዓለም ዝሃወኽ ርኹስ ጉባኤ ዝበሎ፥ እቲ ገቢረ ተኣምራት ንሓደ፣ እቲ ሕማማትን ከኣ ንካልኡ ሂብና ኣይንዛረብን ኢና። ተኣምራትን ሕማማትን ንሓደ ንእኡ ሂብና ንዛረብ ኣሎና ደኣ እምበር።

16 ኵሉ ሳዕ ጐይታናን ፈጣሪናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ሓደ ኣካል ዝተዋሓደ፣ ሓደ ባህርይ እዩ። ሓደ ኣካል ዘለዎ ኮለንትናኡ ናይ ወልድ እዩ። እዚ ኽአ ቃል ሥጋ ነፍስ ልቡና እዩ። ሓደ ግብሪ እዩ። ምኽንያቱ ሊቃውንቲ ኣብ ዓንቀጸ ሥጋዌ ንኣካል ናይ ወልድ ህላዌ ጥራይ ጌሮም ይዛረቡ እዮም። እዚ ድማ ነዞም ሠለስተ ኣካላት ሓደ ዝገበሮም ህላዌ ኣይኮነን።

17 ምእንትኡ ኽአ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ኮነ። ኣብዚ ዓለምኡ ተራእየ፣ ሥራሕ ሰብነት ውን ሠርሐ። ሰብ ምስ ኮነ ውን ኵሉኡቲ ነቢያት ብዛዕባኡ ዝበልዎ ተፈጸመ። ትንቢት ከየዛረበ ሰብ ዝኾነ ኣይኮነን።

❖ ❖ ❖

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፩

ምዕራፍ ፻፩ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአብ ንጹሕ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ጎበ አባ ሚናስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን ወንትአመን በ፩ዱ አምላክ ከመ ውእቱ ፩ዱ አምላክ ህላዌ መንፈሳዊ ዘኢተፈጥረ ወንሰግድ ለዝንቱ ህላዌ ወንዌጥን ጠይቆቶ በብዙኅ ትምህርታት።

፪ ወንብል ከመ እግዚአብሔር እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ዱ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ መንግሥት ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ ምስፍና ወለለ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ይትአመር ወይትሌበው ከመ ውእቱ አምላክ ወእግዚእ።

፫ እንዘ ፩ዱ እግዚአብሔር በህላዌሁ ወለህላዌ መለኮት ቦቱ ፫ቱ አካላት ወን ትአመን ከመ አብ ወላዲ ወኢተወላዲ ወውእቱ ጥንተ ቅድምና ወላዴ ቃል ወወልድኒ ተወልደ እምአብ ከመ ብርሃን ዘእምብርሃን ወመንፈስ ቅዱስ ወፅአ እምኔሁ በብሉየ መዋዕልና።

፬ ወአኮ ዘንትአመን በንባብ ወሕሊና ዘከመ ፀረፉ ሰብእ ወመሀሩ ዘምስለ ገቢር ወሐልዮ በህላዌ ወበግዕዝ ኢናስተጋብእ ሥላሴ በ፩ዱ አካል ከመ አይሁድ ወሰባልዮሳውያን አላ ንጐይይ እምነ እምነቶሙ እምሕሊና አይሁዳዊ ወሰባልዮሳዊ ወኢንቤ በሕሊና ወኢ በንባብ ፩ዱ አካል ዘ፫ቱ አላ ነአምን ፫ተ አካላተ ወሎሙ ንሰግድ ወአኮ ለህላዌያት ወአማልክት ዘእንበለ ለአካላት ቅዱሳት ከመ ኢንባእ ውስተ ጎልቄ መጠዓውያን እለ ብዙኃን አማልክት ዘውእቱ ፅርፈተ አርዮስ ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ 101

ምዕራፍ 101 ክፍሊ 1

1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ንጹሕ ኣባ ዲዮናስዮስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ሚናስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥ ንሱ ሓደ ኣምላኽ ዘይተፈጥረ ረቂቕ ባህርይ ከምዝኾነ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምንን ንተኣማመንን። ነዚ ባህርይ እዚ ውን ንሰግድ። ንእኡ ንምፍላጥ ድማ ብዝተፈላለዩ ትምህርታት ክንፍትን ክንጅምር ኢና።

2 እግዚኣብሔር ሓደ እንከሎ ሠለስተ፥ ሠለስተ እንከሎ ኸኣ ሓደ ከምዝኾነ ንዛረብ። **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት ሓደ መንግሥቲ ሓደ ኃይሊ ሓደ ኣገዛዝኣ እዮም። ካብኣም ከኣ ነፍሲ ወከፍ ፈጣሪን ጐይታን ከምዝኾነ ይፍለጥ።

3 እግዚኣብሔር ብባህሪኡ ሓደ ክኸውን ከሎ፥ ንባህርየ መለኮት ሠለስተ ኣካላት ኣለውዎ። **ኣብ** ወላዲ እምበር ዘይተወልደ ከምዝኾነ፥ ንቃል ዝወለደ ቅድምና ዘለዎ ጥንት ከምዝኾነ ንኣምን። ወልድ ውን ብርሃን ካብ ብርሃን ከምዝርከብ ካብ **ኣብ** ከምዝተወልደ ንኣምን። መንፈስ ቅዱስ ውን ብብሉየ መዋዕልና ካብ **ኣብ** ከምዝሠረፀ ንኣምን።

4 ምስቲ ድርሳን ምድራስን መጽሓፍ ምጽሓፍን ኣርዮስ ብባህርይ፥ ሰባልዮስ ከኣ ብግብሪ ፍሉያት እዮም ብምባል ከም ዝኸሓዱን ከምዝመሃሩን፥ ዘረባ ብምብዛኑ ን ኣእምሮ ብምስኣንን እንኣምን ኣይኮን ናን። ከም ኣይሁድን ከምቶም ሰዓብቲ ሰባልዮስ 'ንቶም ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እዮም' ኣይንብልን። እኳ ደኣ ካብቲ ኣይሁድን ሰዓብቲ ሰባልዮስን ዝኣምንዎን ዝሓስብዎን ክሕደት ንርሕቕ። ብሓሳብ ይኹን ብኣዘራርባ ናይ ሠለስቲኣም ኣካል ሓደ እዩ ኣይንብልን። ነዞም ሠለስተ ኣካላት ኣሚንና፥ ንሠለስተ ኣካላት ንሰግድ እምበር። ምእንቲ ናብ ቀጽሪ እቶም ንብዙኃት ኣማልኽቲ ዘምልኹ ጣዖታውያን ከይንኣቱ ንሠለስተ ባህርያት ንሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይንሰግድን። እቲ ክሕደት ኣርዮስ እዚ እዩ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፩	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 101
፭ አላ ንትአመን አካላተ ቅዱሳተ ዘዘዚአሆሙ ከመ አብ ኢተወላዲ ወወልድ ተወላዲ ወመንፈስ ቅዱስ ዘወፅአ እምኔሁ ወኢንበል ከመ ለአብ አልቦቱ ወልድ ከመ ኢንኩን ውስተ ክሕደተ አውናምዮስ ዘይክሕድ ልደተ ወልድ ወፀአተ መንፈስ ቅዱስ ዳእሙ ንርኀቅ ጥቀ እምዝንቱ ሕሊና ወእምሕሊናተ ሰብእ ኀሡራን።	5 ንኣካላት ነናቶም ፈሊጥና **አብ** ከም ዘይተወልደ፡ ወልድ ከምዝተወልደ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ከምዝሠረፀ ንኣምን እምበር። ኣብ ክሕደት እቲ ናይ ወልድ ምውላድን ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሥራፅን ዝኸሓደ ኣውናምዮስ ምእንቲ ከይንወድቕ ንአብ ወዲ የብሉን ኣይንበል። እኳ ደኣ ካብዚ ክሕደትን ካብ ሓሳብ እቶም ዝተዋረዱ ሰባትን ፈጺምና ንርሓቕ።
፮ ወእምነትነሰ ጥዩቅ ዘበአማን ከመዝ ውእቱ፡ እስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥሉስ ፍጹም ዘቦቱ ፫ቱ አካላት ፍጹማን ዝንቱ ዐቅመ ሃይማኖትነ ወቀኖና እምነትነ ዘበእግዚአብሔር ዘቦቱ ንትአንዝ እንበለ ጸኒን ወቦቱ ይሰበክ አልባቢነ ዘከመ አእመርናሁ እምትምህርተ አበዊነ ብፁዓን።	6 ርዱእ ቅኑዕ ሃይማኖትናስ ከምዚ እዩ። **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ፍጹማን ሠለስተ ኣካላት ዘለውዎ ፍጹም ሠለስተ እዩ። ናይ ሃይማኖትና ልክዕ፡ ብዘይ ጥርጥር ጸኒዕና እንነብረሉ፡ ብእግዚኣብሔር እንኣምኖ ሥርዓተ ሃይማኖትና እዚ እዩ። ከምቲ ካብ ብፁዓን ኣቦታትና ተማሂርና ዝፈለጥናዮ መጠን፡ ልብና ነዚ ይርዳእ።
፯ ወእምኔሆሙ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ይቤ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ልደት ወሥርቀት እስመ ሶበ እቤ እግዚአብሔር በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እቤ እንዘ ኢይትዌሰክ በመለኮት ፈድፋደ እምዝ ከመ ኢይባእ አስተጋብኦተ አማልክት ወእንዘ ኢየሐጽጽ እምዝንቱ ዐቅም ከመ ኢይባእ ሕጸት በመለኮት ወበድርሳኑሂ በእንተ ረባሕ ይቤ እስመ ሶበ እቤ እግዚአብሔር እብል በእንተ ሥላሴ ወሥላሴሂ አካላት እሙንቱ።	7 ካብኡም ድማ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ ነገረ ልደቱ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ÷ 'ኣነ እግዚኣብሔር ክብል ከሎኹ ብዛዕባ **አብን** ወልድን መንፈስ ቅዱስን እየ' በለ። ብዙኃት ኣማልኽቲ ምባል ንከይመጽእ፡ ካብዚ ሓደ ምባል ካልእ ብመለኮት ከይተወሰነ፡ ኣብ መለኮት ሕፀፅ ንከይመጽእ ውን ካብ ሠለስተነት ከይጐደለ፡ ምሥጢረ ተዋሕዶ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ÷ 'እግዚኣብሔር ክብል ከሎኹ ብዛዕባ ሥላሴ እየ ሠለስቲኦም ውን ኣካላት እዮም' በለ።
፰ ወዓቢይ አትናቴዎስ ዘአሠርገወ መንበረ ሀገር መፍቀሪተ እግዚአብሔር እለ እስክንድርያ ወዘአስተፍሥሐ ኵሎ እለ መትሕተ ሰማይ በትምህርቱ ኦርቶዶክሳዊት ይቤ ውስተ ድርሳኑ በእንተ ትስብእቱ ለክርስቶስ እስመ ስብሐተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፮ዱ ውእቱኒ ዘበአማን በከመ ይቤ ለሊሁ ኢይሁብ ስብሐትየ ለካልእ እስመ ወልድኒ ኢኮነ ካልአ አላ አምላክ ዋሕድ ቃሉ ለእግዚአብሔር ። ኢሳ ፵፪፡፰።	8 መንበር ናይታ ንእግዚኣብሔር እትፈቱ ሃገረ እስክንድርያ ዘኽበረ፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብእትብል ትምህርቱ ውን ንኾሎም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘለዉ ዘሐጕሰ ዓቢይ ኣትናቴዎስ ድማ ኣብቲ ብዛዕባ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኻኑ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ÷ 'ብሓቂ ናይ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ክብሪ ሓደ እዩ። ንሱ ባዕሉ ክብረይ ንካልእ ኣይህብን ከምዝበለ። ወልድ÷ሓደ ናይ እግዚኣብሔር ኣካላዊ ቃሉ እዩ እምበር ካልእ ኣምላኽ ኣይኮነን' በለ ። ኢሳ 42፡8።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፩	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 101
፱ ወነበኒ ሀሎ አብ ወልድኒ ወመንፈስ ቅዱስ ምስሌሁ ይሰገዱ ወይትመለኩ እስመ እሙንቱ እግዚአብሔር ዐቃቢሁ ለእስራኤል ይትጎፈሩ እንከሰ ወይጎሠሩ እለ ይትቃረኑ ወየአምኑ ከመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢኮኑ እምህላዌ አብ ዘአልቦ ካልእ አምላክ እንበሌሁ ። መዝ ፻፷፭(፻፷)፡፱። ኢሳ ፵፫፡፲፭።	9 አብ ኣብ ዘለዎ ምስኡ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣለዉ። ብሓደ ውን ይሰገደሎምን ይምለኹን። ከመይ ንእስራኤል ዝሕሉ እግዚኣብሔር ንሳቶም እዮም። እምበኣር ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካብቲ ብዘይካኡ ካልእ ኣምላኽ ዘየሎ ካብ ባህርይ አብ ከምዘይተረኽቡ ዝኣምኑን ዝከሪኽሩን ይጎፈሩን ይዋረዱን። መዝ 121(120)፡4። ኢሳ 43፡11
፲ ወኤጲፋንዮስሂ ብሩህ ልቡና ይቤ ውስተ ድርሳኑ ዘይሰመይ አንክሮጦስ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ይትኤለቁ በስም ወበጎልቍ ፫ቱ ወኢይቤ ተዋሕዶ ወምንታዌ ወኢተዋሕዶ ባሕቲቶ አላ ሥላሴ ፭ዱ አምላክ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እስመ አብ በወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወልድኒ በአብ ወመንፈስ ቅዱስ መንፈስ ቅዱስኒ በአብ ወበወልድ። ዮሐ ፲፬፡፰-፲። ፲፯፡፳፩።	10 ፍልጠት ልቡና ዘለዎ ኤጲፋንዮስ ውን ኣንክሮጦስ ኣብ ዝበሃል ድርሳኑ፥ 'ሥሉስ ቅዱስ ብስም ብቑጽሪ ሠለስተ ይበሃሉ' በለ። ናይ ኣካል ሓድነት፡ ናይ ባህርይ ውን ክልተነት ኣይተዛረበን። ሠለስትነት ኣብ ሓድነት፡ ሓድነት ድማ ኣብ ሠለስት ነት ከምዘሎ ደኣ ተዛረበ እምበር ሓድነት ጥራይ ኣይተዛረበን። ከመይ አብ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ህልው እዩ፡ ወልድ ውን ኣብ አብን መንፈስ ቅዱስን ህልው እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ኣብ አብን ወልድን ህልው እዩ። ዮሓ 14፡8-10። 17፡21።
፲፩ ናሁ ዘከርነ አ ዓቢይ ጎዳጠ እምብዙኃን ትምህርታተ አበው ቅዱሳን አአምን ወእትአመን በድካምየ ወበሕጸተ አእምሮትየ በዝ ንባብ ዘተናገርነ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ዘይሰገድ ወኢይትረከብ ወሥራዕነ ዘንተ በስምዐ መምህራን እለ ተፈትኑ ዘእምኀቤሆሙ ምሥጢራተ መልእክተ እግዚአብሔር።	11 ክቡር ሊቀ ጳጳሳት! ካብቲ ብዙኅ ትምህርቲ ቅዱሳን ኣቦታትና እንሆ ውኑድ ተዛረብና። በቲ ድኽመተይን፡ ንኡስ ኣእም ሮይን፥ ብዛዕባ'ቲ ዘይምርመር ዝስገደሉ ቅድስት ሥላሴ ዝተዛረብናዮ በዚ ነገር'ዚ ፈጺመ እኣምን እየ፡ ይተኣማመንን ውን እየ። ንእግዚኣብሔር እነገልግለሉ ሃይማኖት፡- ብምስክርነት እቶም ዝረኸብና ዮም ፍሉጣት መምህራን ነዚ ጸሓፍና።
፲፪ ወካዕበ ርኢነ ርቱዐ ዘይደልወነ በሥነ አምልኮ ተውሳከ ንባብ እንተ ትስብእቱ ለእግዚአብሔር ቃል በእንቲኣነ ዘከመ ተመጠውናሁ እምአበዊነ ቅዱሳን መምህራንነ ምሥጢራተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወዓዲ በፍቅር ዓቢይ ንትዌከፍ ፲ተወፀቱ ክፍለ እንተ ዘቅዱስ ቄርሎስ ለባሴ እግዚአብሔር እንተ አማሰነ ወጸሐየየ ምግባረ ንስጥሮስ ዕልው እኩይ ዘከመ ትንቢተ ዕንባቆም	12 ከምኡ ኸኣ ብሥርዓተ ኣምልኾ ነቲ ዝግብኣና ፈሊጥና፡ ከምቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እትኣምኖ ሃይማኖት ካብ ዝመሃሩ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝተመሃርናዮ ኣብ ምሥጢረ ሥላሴ እግዚኣብሔር ቃል ምእንታና ሰብ ናይ ምኽኑ ነገር ንዛረብ ኢና። ከምኡ ውን ከምቲ ትንቢተ እንባቆም 'እተሰንብድ ማሕ ማሕ እትብል ብርህቲ ኮናት ክሳዕ ጫፍ ዓለም ወጸት፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ውን ኣብርሀት' ዝበለ፡ ከምኡ ውን ነቲ እግዚኣብሔር ዝኃደሮ ቅዱስ ቄርሎስ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፩	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 101
ሐጽ ብርህት እንተ ታዋኪ ወፅአት እስከ አጽንፈ ዓለም ወአብርህት ለእጓለ እመሕያው ። ዕን ፫፡፱-፲፪።	ንክሕደት እቲ ከሓዲ ንስጥሮስ ነቓቒሉ ዘጥፍኣሉ 12 ክፍሊ ትምህርቲ ብፍጹም ፍቕሪ ንቕበሎ ኢና ። ዕን 3፡9-12 ።
፲፫ ወኢንርኀቅ እምነ ጽድቅ ወአምሳላተ ኵሉ መጻሕፍት ወእምኀሢሠ ኵሉ ጥበብ ዘይደሉ ወትምህርታተ እምነት መለኮታዊ በከመ ይቤሎ እግዚአብሔር ለኢዮብ ተዐቀብ በመዋዕለ አፅራር ወዕለተ ጸብእ ዘውእቱ ተጋድሎ በእምነት ኦርቶዶክሳዊ ። ኢዮ ፭፡፲፱ ።	13 ካብቲ ሓቀኛ ነገርን ኵሉም መጻሕፍቲ ዝብልዎን ከምኡ ውን ካብቲ ዝግባእ ኵሉ ጥበብ ምምርማርን፡ ካብቲ ሓድነቱን ሠለስትነቱን እንኣምነሉ ትምህርትን ኣይንፈለ። ከምቲ እግዚኣብሔር ንኢዮብ፥ 'ኣብቲ ጸላኢ ዝሠልጠነሉ ጊዜን ጽልኢ ዝተለዓለሉ ዕለትን ተሓለው' ዝበሎ እዩ። እዚ ድማ ንኦርቶዶክሳዊ እምነት ምግዳል እዩ። ኢዮ 5፡19።
፲፬ ነአምን ወንትአመን በፍቅር ከመ እግዚአብሔር ቃል ዘዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ መለኮት ዘውእቱ ብርሃን ዘእም ብርሃን አካል ዘኢይትዌለጥ ወሕይወተ አብ ዘኢያስተርኢ ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ወጽንዓተ ኵሉ እምኄሁ በደኃሪ መዋዕል አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ኀቤነ እንዘ ኢይትፈለጥ እምሕፅነ አቡሁ ወኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም ንጽሕት ዘአልቦቱ ርስሐት ወላዲተ እግዚአብሔር። ዮሐ ፩፡፩-፮። ቈላ ፩፡፲፪-፲፯።	14 እቲ ብባህርየ መለኮት ምስ **አብ** ሓደ ዝኾነ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ዘይልወጥ ኣካል፡ ዘይምርመር ናይ **አብ** ሕይወት፡ ኵሉ ዝተፈጥረሉን ናይ ኵሉ ጽንዓት ካብኡ ዝተረኽበን እግዚኣብሔር ቃል፥ ብዳኅረዋይ ዘመን ነቲ ልዑል ባህሪኡ ኣትሒቱ ካብ ሓድነት ኣቦኡ ከይተፈልየ ብፍቕሪ ናባና ከምዝመጸን፥ ኣብ ማኅፀን ወላዲቱ ኣምላኽ ምልዋጥ ዘይብላ ንጽሕት ድንግል ማርያም ከምዝኃደረን ፈጺምና ንኣምን። ዮሓ 1፡1-6። ቈላ 1፡12-17።
፲፭ ወገብረ ሎቱ ሥጋ እምደመ ዚአሃ ድንግልናዊ ወእመንፈስ ቅዱስ ዘይትዔረየነ ምስሌነ በህላዌ ወዘየሐምም ከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወበልደቱ መድኀን ኢያማሰነ ማኅተመ ድንግልናሃ ወኮነ ሰብአ ዘበአማን በህላዌ እምዘርአ አብርሃም ወዳዊት ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ በከመ ጸሐፈ ዮሐንስ ወንጌላዊ ወአድኀነነ እግዚአብሔር በቃሉ ሥግው ዘቦቱ ነፍስ ዘተፀንሰ ወተወልደ እማርያም ድንግል ዘእንበለ ይማስን ድንግልናሃ። ዮሐ ፩፡፲፬። ገላ ፬፡፬። ዕብ ፪፡፲፮።	15 ካብቲ ድንግልና ዘለዎ ባህሪኣ፡ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ብባህርይ ምሳና ሓደ ዝኾነ ከማና ዝሓምም እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ። መድኀን ብልደቱ ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይለወጠን። ካብ ዘርኢ ኣብርሃምን ዳዊትን ብዝተረኽበ ባህርይ ብሓቂ ሰብ ኮነ። ወንጌላዊ ዮሓንስ ውን ከምዘጸሓፎ፥ ቃል ሥጋ ኮነ፡ ንባህሪና ውን ባህሪኡ ገበረ። እግዚኣብሔር፡- በቲ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ዝተፀንሰን ዝተወልደን ቃሉ ኣድኃነና። ዮሓ 1፡14, ገላ 4፡4, ዕብ 2፡16።

ዘዲዮናስዮስ ም፣ ፻፩	ዘዲዮናስዮስ ም፣ 101
፲፮ ወውእቱ ጽሙር እምፀቱ ህላዌያት ቃል ቀዳማዊ ፍጹም እምፀቱ መለኮት ወትስብእት ዘይትዔረዮ ለእግዚአብሔር አብ በመለኮት ወዘይትዔረየነ ለነ በትስብእት ወውእቱ ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ዘአምላክ ቃል ሥግው።	16 ንሱ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ዝኾነ እዩ። ቀዳማዊ ቃል ካብ ክልተ ማለት መለኮትን ትስብእትን ሓደ ዝኾነ እዩ። ብመለኮቱ ምስ አብ ዝመዓራረ እዩ፣ ሰብ ብምኻኑ ድማ ንኣና ዝመስል እዩ። ንሱ ሓደ አምላኽ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ገጽ ሓደ አካል እዩ። ባህርይ ናይ'ቲ ሰብ ዝኾነ አምላኽ ቃል ሓደ እዩ።
፲፯ ወበከመ ውእቱ ፩ዱ ዘበአማን ከማሁ አሐቲ ሥምረት ወአሐቲ ኃይል ወውእቱ አምላክ ዘኢይትዌለጥ ወኢገብረ በመለኮቱ ሕጸተ ወለዘሂ ነሥአ እምኔነ ረሰዮ ለርእሱ በሥርዓት ዘውእቱ ተዋሕዶ አካላዊ ወህላዌያዊ።	17 ከምቲ ብሓቂ ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ ከምኡ ውን ሓደ ፍቓድ ሓደ ኃይሊ እዩ። ዘይልወጥ አምላኽ እዩ። ብመለኮቱ ውን ሕፀፅ የብሉን። ብሕገ ተሰብአ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ንርእሱ ገንዘብ ገበሮ። እዚ ድማ ብኣካል ብባህርይ ሓደ ምኻን እዩ።
፲፰ ወለሊሁ ይእዜ ፩ዱ ውስተ ቅድስት ሥላሴ ወይትዔረዮሙ ለአብ ወመንፈስ ቅዱስ በ፩ዱ ህላዌ እምቅድመ ትስብእት ወእምድኅረ ትስብእት እንዘ ኢይትዌሰክ ውስተ ሥላሴ ጎልቀኑ ራብዓይ ኢሐማሚ ውእቱ እመንገለ ዕሪናሁ ለአብ በህላዌ ወውእቱ ሐማሚ በሥጋ እመንገለ ዕሪናሁ ምስሌነ በህላዌ እስመ በህላዌ መለኮቱ አምላክ ቃል ኢሐመ አላ በሥጋ ህላዌነ ሐመ ዘከማነ።	18 ንሱ ውን ሎሚ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ እዩ። ቅድሚ ሰብ ምኻኑ ኾነ ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ኣብ ሠለስተ ኣካላት ራብዓይ ኣካል ከይተወሰኸ፡ ንአብን መንፈስ ቅዱስን ብሓደ ባህርይ ይመስሎም እዩ። ብባህርይ ንአብ ዝመስልን ዝተኻኸልን ብምኻኑ ዘይሓምም እዩ፣ ንኣና ውን ብባህርይ ዝመስለና ብምኻኑ ዝሓምም እዩ። ከመይ ካብ ባህርይና ብዝተረኽበ ሥጋ ከማና ሓመመ እምበር ኣምላኽ ቃል ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምም እዩ።
፲፱ ወከመዝ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ኢሐማሚ በመለኮቱ ወሐማሚ በትስብእቱ ወውእቱ ክመ በመንክራት ወበሕማማት ወበሥርዓት ተወክፈ ሕማመ ዚአነ እንተ ገብራ በፈቃዱ በሥጋ ሐመ ሕማመ ሞት ዘይትዔረየነ በህላዌ ዘበነፍስ ነባቢት።	19 ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ ውን ከምዚ በለ÷ 'ብመለኮቱ ዘይሓምም እዩ፣ ሰብ ብምኻኑ ግና ሓማሚ እዩ። እቲ ተኣምራት ዝገበረን መከራ ዝተቐበለን ሓደ በይኑ እዩ። ነታ ፈትዩ ብሥጋ ዝተቐበላ ናትና መከራ ብዝግባእ ገንዘብ ገበረ። ነባ ቢት ነፍስ ብዘለዎ ባህርይ ንኣና ዝመስል ንሱ፣ ሞት ዘስዕብ ሕማም ገንዘብ ገበረ።
፳ ወካዕበ ይቤ እስመ ውእቱ ኢሐመ በምትሐት አላ እሙነ ወበፈቃዱ ተወክፈ ሕማማተ ህላዌነ ወሞቱሂ ዲበ ዕፀ መስቀል ወአርአየ መንክረ ትንሣኤሁ እስመ ውእቱ እግዚአብሔር ዘኢየሐምም ወዘኢይመውት ገብረ ዘንተ ወአርአየ ሥጋሁ ቅዱሰ ዘአልቦ ኃጢአት ዘተዋሐደ ቦቱ እምከርሠ ዘእንበለ ሚጠት ። ፊልጵ ፪፥፮-፱	20 ከምኡ ውን ‹ንሱ ብሓቂ እምበር ብሓሶት ኣይሓመመን› በለ። ንባህርይና ዝሰማማዕ ሕማም ውን ብፍቓዱ ተቐበለ። ሞቱ ውን ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ እዩ። ድንቂ ትንሣኤኡ ውን ገለጸ። ዘይሓምምን ዘይመውትን ኣምላኽ እዩሞ ከምዚ ገበረ። ነቲ ኣብ ማኅፀን ዝተዋሓዶን ኃጢኣት ዘይብሉን ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋኡ ውን ብዘይ ምልዋጥ ኣግሃዶ። ፊልጵ. 2፡6-9።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፩ ፡ ዘዮሐንስ ም፡ ፻፪

፷፩ ወይእዜኒ ነአምር ወንብል እስመ ርሑቅ ውእቱ እምነ ውላጤ ህላዌ መለኮት ወትስብእት ወኢንፈልጠሙ በበይናቲሆሙ ወኢንብል ፪ቱ ህላዌያት ወኢንከፍሎ ኀበ ፪ቱ አካላት አላ ፩ዱ ውእቱ ዘኢይትከፈል ወዛቲ ይእቲ ዐቅመ ሃይማኖት ዘለመድኃኒትነ ወይእቲ ፍኖተ ርትዕት እንተ ትወስድ ውስተ መንግሥተ ሰማያት። ማቴ ፯፡፲፬።

፷፪ ወይእቲ ሃይማኖት ሐዋርያዊት ዘንጼዋዕ ባቲ እንተ ዲቤሃ አመሥረተ እግዚእነ ወአምላክነ ክርስቶስ ቤተ ክርስቲያኑ ወይእቲ ተስፋነ ወምክንያተ ሕይወተ ነፍሳቲነ ዲቤሃ ንቁም ወባቲ ንጠመቅ ወኪያሃ ንዕቀብ እንበለ ጽነት። ማቴ ፬፡፲፱። ፳፰፡፳። ማር ፲፮፡፲፭-፲፯። ዮሐ ፲፬፡፩።

፷፫ ለኵሉ ዘዐለወ ወተቃረነ ንባበ መንፈሳዊ ወተግሕሠ እምነ ጽድቅ ውስተ ኵሉ መካን ኀበ ሀለወ ወለ ኵሎሙ ከሐድያን ወሰብእ እኩያን ወጎጉላን እለ አልቦሙ ሃይማኖት ወዘዐለዉ ሃይማኖተነ ወእለ ሜሙ ላዕ ሌሆሙ መገብተ ከሐድያነ ንኴንኖሙ በግዘት በኵሉ መዋዕል።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፪ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአብ ንጹሕ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ኀበ አቡነ ሚናስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ወሶበ ፈነወ ንጉሠ ሮሜ ወሞቅሖ ለአቡነ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወሰዶ ቀኖተንጥንያ ወአብ ጽሐ ኀቤሁ እንዘ ሀሎ ሊቀ ጳጳሳት ዘቀኖተንጥንያ ወካህናት ወመላህቅተ ንጉሥ ተዋሥኦ ሊቀ ጳጳሳት ዘቀኖተ ንጥንያ ወንጉሥሰ ሶበ በጽሐ እምሀገረ ሕምጽ ኀበ ቀኖተንጥንያ እምድኅረ ፈነዎ ንጉሥ ወወሰዶ ቀኖተንጥንያ ሖረ ንጉሥ ኀበ ሊቀ ጳጳሳት ወአዘዘ ያብጽሐነ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡ 101 ፡ ዘዮሐንስ ም፡102

21 ሕጂ ውን እቲ ባህርየ መለኮትን ትስብእትን ካብ ምልዋጥ ዝረሓቐ ከምዝኾነ ገሊጽና ንነግር። ነንበይናም በብርእሶም ውን ኣይንኸፍሎምን። እቲ ዘይክፈል ሓደ እዩ እምበር ክልተ ባህርያት ኣይንብልን፡ ናብ ክልተ ኣካላት ውን ኣይንኸፍሎን። ክንድኅነላ ዝተወሰነት ሃይማኖት እዚኣ እያ። ናብ መንግሥተ ሰማያት እተእቱ ቅንዕቲ መንገዲ ውን እዚኣ እያ። ማቴ 7፡14።

22 ካብ ሓዋርያት ተኸታቲላ ዝመጸት፡ ክርስቲያን ተባሂልና እንጽውዓላ፡ ጐይታና ፈጣሪና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያን ዝመሥረተላ ሃይማኖት እዚኣ እያ። ተስፋናን ምኽንያተ ድኅነት ነፍስናን ንሳ እያ። ብእኣ ጸኒዕና ንንበር። ብእኣ ንኽበር፡ ብዘይጥርጥር ንእኣ ኣጽኒዕና ንኃዝ። ማቴ 4፡19። 28፡20። ማር 16፡15-17። ዮሓ 14፡1።

23 ኵቲ መንፈስ ቅዱስ ዘዛረቦ ገዲፉ ዝተኸራኸረ ኵሉ፡ ኣብ ዘዘለዎ ኵሉ ቦታ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ፡ ከምኡ ውን ነቶም ሃይማኖት ዘይብሎም ካብ ፍልጠት ዝተ ፈልዩ ከሓድያን መናፍቃን ሰባት፡ ነቶም ኵሎም ሃይማኖትና ዝለወጡን ነቶም መና ፍቕን መምህራን ኣብ ልዕሊኡም ዝሾሙን ብኵሉ ጊዜ ኣውጊዝና ንፈልዮም።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 102 ክፍሊ 1

1 ንጹሕ ኣቦ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዮሓንስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ሚናስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ ንጉሥ ሮማ ልኢኹ ንናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ዮሓንስ ኣብ ዝኣሠረሉ ጊዜ ናብ ቀኖተንጥንያ ወሰዶ። ናይ ቀኖተንጥንያ ሊቀ ጳጳሳትን ካህናትን ናይቲ ንጉሥ ሹማምንትን ከለዉ ናብኡ ምስ ኣቕረቦ፡ እቲ ናይ ቀኖተንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ተኸራኸሮ። እቲ ንጉሥ ውን ካብ ሃገረ ሕምጽ ኣብ ቀኖተንጥንያ ኣብ ዝበጽሓሉ ጊዜ፡ ድኅሪ ልኢኹ ናብ ቀኖተንጥንያ ምውሳዱ፡ እቲ ንጉሥ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ከይዱ ንኽእክበና ኣዘዘ።

ዘዮሐንስ ም፡፲፱	ዘዮሐንስ ም፡102
፲፱ ወአብጽሐነ ሊቀ ጳጳሳት ጎበዩ በዕለተ ኃሙስ እምቅድመ ሆሣዕና ወጎበዩ ብዙኃን ካህናተ ዚአሁ ወተቀበሉነ ሕዝብ ዓቢይ እምቅድመ ብጽሐትነ ጎበ ሊቀ ጳጳሳት ወጸርሑ ላዕሌነ በውውዓ ወበግርማ ከመ ያፍርሁነ ወያደንግፁ እምቅድመ ተራክቦትነ ምስለ ሊቀ ጳጳሳት ወትንብልና ጸሎትክሙ ውክፍት ወሀበነ እግዚአብሔር ትዕግሥተ ወኃይለ። ያዕ ፭፡፲፯።	2 እቲ ሊቀ ጳጳሳት ውን ቅድሚ ሆሣዕና ብዕለተ ኃሙስ ናብኡ ኣጸውዓና። ንሱ ዝሾሞም ብዙኃት ካህናት ውን ኣብኡ ነበሩ። ናብቲ ሊቀ ጳጳሳት ቅድሚ ምብጻሕና ብዙኃት ሕዝቢ ተቐበሉና። ምስቲ ሊቀ ጳጳሳት ቅድሚ ምርኻብና ውን ንክርቡሽናን ከርዕዱናን ብምፍርራሀን ብምግራምን ፈከሩልና። በታ ቅብልቲ ጸሎትኩም ግና እግዚኣብሔር ኃይልን ትዕግሥትን ሃበና። ያዕ 5፡17።
፳ ወእምድኅረ ጕንዱይ ሰዓት በጸሕነ መካነ ጎበ ሀሎ ይነብር ሊቀ ጳጳሳት ወበዐውዱ ሠራዊት ብዙኃን ወንቤሎ በሓ ወውእቱኒ ሜጠ ለነ ወአንበረነ ወተስእለነ ወይቤ ሊቀ ጳጳሳት እምአይ መካን አንትሙ ወአውሣእናሁ ከመ ንሕነ ዘመንበረ አንጾኪያ።	3 ድኅሪ ብዙኅ ሰዓት ኣብቲ ሊቀ ጳጳሳት ዘለዎ ቦታ በጻሕና። ኣብ ዙርያኡ ውን ብዙኃት ሠራዊት ነበሩ። 'ሰላም' በልናዮ፡ ንሱ ውን 'ሰላም' ኢሉ መለሰልና። ኮፍ ውን ኣበለና። 'ካበየናይ ቦታ ዝመጻእኩም ኢኹም፡' ክብል ሊቀ ጳጳሳት ሓተተና፡ ንሕና ድማ 'ካብ መንበረ ኣንጾኪያ ከምዝመጻና' መለስናሉ።
፳፩ ወይቤ እፎ ትነብሩ ፪ቱ ሊቃነ ጳጳሳት ዲበ መንበር ወማእከሌክሙ አልቦ ፍልጠት እንተ ዲበ ፩ዱ መንበር ወዝኩ ዲበ ካልእ ወአውሣእናሁ ከመ ማእከሌነ አልቦ ፍልጠት ወሶበ ሰምዐ ዘንተ ይቤለነ ሶበ ሜሙከ ሊቀ ጳጳሳት መኑ እምሊቃነ ጳጳሳት ዘጎረየከ ወንቤ ዘዲበ መንበረ እለ እስክንድርያ ወይቤ መነሃ ይሰመይ ወንቤሎ ማር ሚናስ ወይቤ ዝኩሰ ዐላዊ ውእቱ እስመ ጸሐፈ ጎበነ ወአልቦ ውስቴቱ አእምሮ ወእምነቱኒ በክርስቶስ ሃይማኖት ሙስንት ዳእሙ ለነሰ ዘለእስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ርቱዐ ሃይማኖት ዘስሙ ኤልያስ።	4 'ኣብ ሓደ መንበር ክልተ ሊቃነ ጳጳሳት ከመይ ኢልኩም ትነብሩ ኣሎኹም፡ ንሸኻ ኣብ ሓደ መንበር ንሱ ውን ኣብ ካልእ መንበር ኮይንኩም ከመይ ኣብ መንኻኹም ፍልልይ ዘየልቦ፡' በለ። 'ኣብ መንነና ምፍልላይ የልቦን' በልናዮ። ነዚ ምስ ሰምዐ 'ሊቀ ጳጳሳት ጌሮም ክሾምኻ ከለዉ ካብቶም ሊቃነ ጳጳሳት መን እዩ ሾይምካ፡' በለ። 'ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት እዩ' በልናዮ። 'መን ይበሃል፡' በለ። 'እቲ ዝፍቶ ሚናስ እዩ' በልናዮ። 'ንሱ ደኣ መናፍቕ እንድዩ፡ ናባና መጽሓፍ ጽሒፉ ነይሩ ምንም ፍልጠት የብሉን፡ እታ ብክርስቶስ ዝኣምና እምነቱ ውን ከንቱ እያ፡ ናትናስ ኣብ እስክንድርያ ዘሎ ሊቀ ጳጳሳት ቅኑዕ ዝሃይማኖቱ ስሙ ኤልያስ ዝበሃል እዩ' በለ።
፳፪ ወአውሣእናሁ ሶቤሃ በዘአንበቦ እግዚአብሔር ለልሳንነ ወንቤ ኢነአምር በእስክንድርያ ካልአ ሊቀ ጳጳሳት ዘእንበለ አባ ሚናስ ወውእቱ አቡነ ወሰታፌነ በመልእክት መንፈሳዊ ወክርስቶሳዊ አሜሃ ይቤለነ አንተኒ እፎ እምነትከ በክርስቶስ ኢትብልኑ ከመ ውእቱ ወረደ እምሰማይ ወኃደረ ውስተ	5 ሽዑ ቡቲ እግዚኣብሔር ዝገለጸልና፥ 'ንሕናስ ኣብ እስክንድርያ ካልእ ሊቀ ጳጳሳት ብዘይ ኣባ ሚናስ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ንሱ ውን ብሚመት ኣቦና፡ በቲ ንክርስቶስ እነገልግለሉ ሃይማኖት ውን ተሓባባሪና እዩ' ኢልና መለስናሉ። ሽዑ 'ንሸኻኽ ብክርስቶስ እትኣምኖ ሃይማኖት ከመይ እዩ፡ ንሱ ካብ ሰማይ ወረደ፡ ኣብ

ዘዮሐንስ ም፡፻፱	ዘዮሐንስ ም፡102
ከርሠ ማርያም ቅድስት ድንግል ወእምኔሃ ነሥአ ሥጋ ህላዌነ ተአምንኑ በዝ ወሚመ አልቦ።	ማኅፀን ንጽሕት ድንግል ማርያም ኃደረ፡ ካብኣ ኽኣ ባህሪና ዝኾነ ሥጋ ወሰደ ኣይትብልን ዲኻ፡ በዚ ተኣምን ዲኻ ዋላስ ኣይትኣምንን፡' በለና።
፮ ወአውሣእናሁ ወንቤሎ ንሕነ ንትአመን እስመ እግዚአብሔር ቃል ዘእምቅድመ ኵሉ ዓለም ወልደ አብ ወረደ እምሰማይ ውኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ቅድስት ወእምኔሃ ነሥአ ሥጋ በአካለ ህላዌነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወከመዝ ተወልደ እምኔሃ አምላክ ሥግው እንበለ ሚጠት ወኢውላጤ።	6 ንሕና ድማ 'ቅድሚ ኵሉ ዓለም ዝነበረ ወልደ አብ እግዚአብሔር ቃል ካብ ሰማይ ከምዝወረደ፡ ኣብ ማኅፀን ወላዲተ ኣምላኽ ቅድስት ድንግል ማርያም ከምዝኃደረ፡ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ውን ብመጠን ናትና ሥጋ ካብኣ ከም ዝወሰደ ንኣምን። ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ውን ብዘይ ምልዋጥን ብዘይምንዋጽን ብኽምዚ ካብኣ ተወልደ' ብምባል መለስናሉ።
፯ ወሶበ ሰምዐ ዘንተ ይቤለነ እንከሰ ናሁ ፪ቱ ህላዌያት ውእቱ ክርስቶስ ወአውሣእናሁ እንዘ ንብል ንሕነ ነአምሮ ለክርስቶስ ጽሙር እም፪ቱ ህላዌያት ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢነአምሮ ዘእንበለ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ቃል ሥግው ወእምድኅረ ተንሥሦ ብዙኅ ኀደጉነ ንሑር ይእተ ዕለተ ኀበ መካን ዘነኀድር።	7 ነዚ ምስ ሰምዐ 'እምበኣር ክርስቶስ ክልተ ባህርያት እዩ' በለና። ከምዚ ብምባል መለስናሉ÷ 'ንሕና ንክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጠ። ድኅሪ ተዋሕዶ ግና እቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ምኻኑ ደኣ እምበር ክልተ ምኻኑ ኣይንፈልጥን ኢልና።' ድኅሪ ብዙኅ ክትዕ ናብቲ ንኃድረሉ ቦታ ኽንከይድ ኣሰናበተና።
፰ ወበዕለተ እሑድ ዘፋሲካ ንሕነ ኮነ እንበለ ቅዳሴ ወኢቍርባን ወኢበዓል ዘከመ ተብህለ በነቢይ እመይጥ በዓላ ቲክሙ ውስተ ላህ ወምስለዝ ኵሉ ጸውዓነ ንጉሥ ኀቤሁ ውስተ ቤተ ክርስቲያኖሙ ዓባይ ወአርአየነ ሠርጎ ለቤተ ክርስቲያን ወሥነ አልባሲሃ ወመንጠዋልዒሃ ብዙኅ ወመኃትዊሃ ወዘባቲ ብዝኀ ሠራዊት ወዕበየ መንግሥተ ዚአሁ ከመ ሐልዮ ይኂጠነ በዝንቱ ግብር ኃላፊ ዘከመ የኀይጥዎሙ ለሕፃናት ። አሞ ፰፡፲።	8 ፋሲካ ኣብ ዝወዓለሉ ዕለተ እሑድ ኽኣ ቅዳሴ ከይቐደስና፡ ሥጋኡን ደሙን ከይተቐበልናን በዓል ከየብዓልናን ወዓልና። 'በዓልኩም ናብ ብኽያት ክቕይሮ እዩ' ተባሂሉ ብነቢይ ኣሞጽ ከምዝተነግረ። ምስ እዚ ኵሉ ኽኣ፡ ንጉሥ ናብታ ዓባይ ቤተ ክርስቲያኖም ጸውዓና። ናይታ ቤተ ክርስቲያን ስልማት ጌጻጌጽ፡ ጽባቐ ኣልባሳታ፡ ብዙኅ መጋረጃታታን መባርህታን፡ ዘለዋ ብዝኂ ሠራዊትን ዕብየት መንግሥቱን ኣርኣየና። እዚ ኽኣ ከምቲ ንሕፃናት ዘታል ልምም በዚ ኃላፊ ሥራሕ ኸኸታልለና ሓሲቡ እዩ። ኣሞ 8፡10።
፱ ወሶበ ተመጠወ ንጉሥ ቍርባነ ወሚአ ጽውዐነ ኀቤሁ ወተናገረነ ጽኑዐ ነገረ ወሕሡመ ወይቤለነ ለምንት ንከፍሎ ለክርስቶስ በከመ ይቤ ጳውሎስ ቦ ዘይብል አነ ዘኬፋ ወካልእ ይብል አነ ዘአጵሎስ ወምስለዝ ካልአ ብዙኅ ነገረ ነበበ።	9 እቲ ንጉሥ ቍርባን ድኅሪ ምቕባሉ ወጺኡ ናብቲ ዘለዎ ኣጸውዓና። ክፉእን ዘኅዝንን ከኣ ተዛረበና። 'ከምቲ ጳውሎስ ኣነ ናይ ጴጥሮስ እየ፡ እቲ ካልእ ውን ኣነ ናይ ኣጵሎስ እየ ዝብል ኣሎ ዝበለ ስለምንታይ ንክርስቶስ ኸኸፍሎ' በለና። ምስ እዚ ኽኣ ብዙኅ ነገር ተዛረበና።

ዘዮሐንስ ም፡፲፪	ዘዮሐንስ ም፡102
፲ ወበረድኤተ ጸሎትክሙ ውክፍት ወሀበነ እግዚአብሔር ሶቤሃ አውሥኦ በዘይደሉ እምድኅረ ብዙኅ ግብር ኀደጉ ሶበሰ ዘከርኩ እምአናኅኩ ወእምዝ ኀደገነ ንሑር ምስለ ብእሲ ዘአዕቀበነ ከመ ያብጽሐነ ኀበ መካን ዘነኃድር ቦቱ ።	10 ብረድኤት እታ ቅብልቲ ጸሎትኩም እግዚአብሔር፣ ሽዑ ዝግባእ መልሱ ገለጸልና። ድኅሪ ብዙኅ ክትዕ ኃደግክዎ እምበር እንተዝዛረብሲ ነገር መብዛኅኩ ነይረ። ብድኅር'ዚ ምስቲ ሓላዊ ዝገበረልና ሰብ ናብ እንኃድረሉ ቦታ ኀክንከይድ ኣሰናበተና።
፲፩ ወበዕለተ እሑድ ሐዲስ ዘውእቱ ሳምን እምነ ፋሲካ ጸውዕነ ንጉሥ ኀቤሁ ወተናገረነ ሠናየ ነገረ በርኅራኄ እንዘ ይብል ኦ ሰብእ እስመ ተንባላት ወኣይሁድ ያስተኃፍሩነ እንዘ ይብሉ እስመ ሀለዉ እምውስቴትክሙ ዐላውያን ዘዘዚአሆሙ ቦ እምኔክሙ መለካውያን ወቦ እምኔክሙ ያዕቆባውያን ወቦ እምኔክሙ ንስጥሮሳውያን ወካልአንኒ እምእሉ ወበአይ ምክንያት ይከውን ማእከሌነ ወማእከሌክሙ ፍልጠት ተጋብኡ ንሕትት ውስተ መጻሕፍት መጠነ ፭ዱ ወርኀ አው ፪ቱ አዋራኅ አው ፫ቱ ወናእምር ዘኀበ ሀለወ ጽድቅ ወንትልዎ ኮልነ ወሐለየ ከመ ውእቱ ያሥግረነ በነገር ሠናይ እስመ ውእቱ ይሔሊ ከመ ጽድቅ በእዴሁ ወምስሌሁ።	11 ካብ ፋሲካ ሰሙን ዕለተ እሑድ (ዳግማይ ትንሣኤ) ድማ እቲ ንጉሥ ናብኡ ጸውዓና፥ 'ኣቱም ሰባት! እዞም ኣይሁድን እስላምን፥ ‹ካቦትኩም ወገን ዝተፈላለየ ሃይማኖት ዘለዎም መናፍቓን ኣለዉ፥ ካቦትኩም ወገን መሸኻውያን ኣለዉ፥ ካቦትኩም ወገን ያዕቆባውያን ኣለዉ፥ ካቦትኩም ወገን ንስጥሮ ሳውያን ኣለዉ፥ ብዘይካ እዚኣም ውን ካልኦት መናፍቓን ኣለዉ› እናበሉ ይዘልፉና። ኣብ መንነናን ኣብ መንኻኹምን በየናይ ምክንያት እዩ ምፍልላይ ዝኾነ፡ ዋላ ንሓደ ወርኂ ይኹን ክልተ ወርኂ ይኹን ሠለስተ ወርኂ ተኣኪቡ እሞ መጻሕፍቲ ንመርምር፥ ነቲ ሓቂ ዘለዎ ነገር ፈሊጥና ድማ ኮልና ንስዓቦ' እናበለ ብርኅራኄ ጽቡቕ ነገር ኣዘራረበና። እቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ኣብ ኢዱን ምስኡን ዘሎ ይመስሎ ስለዝነበረ ብልዙብ ዘረባ ኽታልለና ሓሲቡ ነበረ።
፲፪ ወንሕነ አውሣእናሁ ሶቤሃ ወንቤሎ ሠናይ ዘይቤ ንጉሥ ወባረክነ ላዕሌሁ ወይቤለነ ኀበ መኑ ትፈቅዱ ይኩን ጉባኤ ወተነሥሦ ኀቤየኑ ወሚመ ኀበ ሊቀ ጳጳሳት አው ኀበ ጳጳሳት አው ኀበ መነኮሳት አውሣእነ ወንቤሎ ኀበ ዘይፈቅድ ንጉሥ መስተሣህል እስመ ሀለውነ ውስተ እዴክሙ ወባሕቱ ኢንትገፋዕ ወኢንትዐመፅ በከንቱ ወነደገነ ንሑር እምኀቤሁ ኀበ መካን ዘነኀድር ውስቴቱ።	12 ንሕና ውን 'ንጉሥ ዝበሎ ጽቡቕ እዩ' ኢልና መለስናሉ። 'ሽሕ ዓመት የንግሥካ' ኢልና ባረኽናየ። እቲ ጉባኤን ክርክርን ኣበይ ክኸውን ትፈትዉ፡ ኣባይ ዶ ዋላስ ኣብ ሊቀ ጳጳሳት ወይስ ኣብ ጳጳሳትን መነኮሳትን እዩ፡' በለ። 'ይቅረ በሃሊ ንጉሥ ኣብ ዝፈተዎ ይኹን፡ ከመይ ኣብ ኢድኩም ኢና ዘሎና እንተኾነ ግና ብኽንቱ ኣይንብ ድልን ኣይንገፍዕን' ኢልና መለስናሉ። ካብቲ ኣዳራሽ ናብቲ ንኃድረሉ ቦታ ኀክንከይድ ኣሰናበተና።
፲፫ ወእምድኅረ ሠኑይ መዋዕል አብጽሐነ ሊቀ ጳጳሳት ወኀቤሁ ነበሩ ሕዝብ እምነ ሊቃነ ጳጳሳት ወዐበይት ወመገብተ መንግሥት ወኮነ ተዋሥአ	13 ድኅሪ ክልተ መዓልቲ ድማ እቲ ሊቀ ጳጳሳት ናብኡ ኣጸውዓና። ኣብኡ ውን ካብ ሊቃነ ጳጳሳትን ዓበይትን ሰበ ሥልጣን መንግሥትን፡ ብዙኃት ሕዝብን ነበሩ። ክትዕ ከኣ ተገብረ። ንሳቶም ግና

ዘዮሐንስ ም፡፲፱	ዘዮሐንስ ም፡102
ወእሙንቱሰ ኢያምጽኡ ስምዐ እምነ መጻሕፍት አሐተ ቃለ አላ ይዜከሩ እምነበ ርእሶሙ ወይትቃወሙ በዘይነብቡ ወይብሉ ከመ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት።	ሓንቲ ቃል ካብ መጻሕፍቲ ምስክር ኣየምጽኡን፣ ካብ ርእሶም ኣንቂያም ይዛረቡ ደኣ ነበሩ። በዚ ውን 'ክርስቶስ ክልተ ባህርይ እዩ' እናበሉ ይከራኸሩ ነበሩ።
፲፬ ወንቤሎሙ እስመ ክርስቶስ ይትአመር እም፪ቱ ህላዌያት በከመ ይብሉ መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዘከመ ነፍስ ወሥጋ ወይቤሉነ ወሰብእኒ ፪ቱ ህላዌያት ውእቱ ወንቤሎሙ ንሕነሰ ኢነአምር ዘእንበለ ፩ዱ ህላዌ ጽሙር ወኢይትበሀል ፪ቱ ዘእንበለ ፩ዱ ወአሐቲ ሥምረት ወ፩ዱ ምግባር።	14 'ክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾነ ይፍለጥ እዩ። ከምቲ መምህራን ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝብልዎ ድማ ከም ነፍስን ሥጋን እዩ' በልናዮም። 'ሰብ ውን እኮ ክልተ ባህርያት እዩ' በሉና። ንሕናስ 'ዝተዋሓደ ሓደ ባህርይ እምበር ክልተ ባህርይ ከምዝኾነ ኣይንፈልጥን፣ ሓደ ደኣ ይበሃል እምበር ክልተ ኣይብሃልን እዩ ሓደ ፍቓድ ሓደ ሥራሕ እዩ' በልናዮም።
፲፭ ወእሙንቱሰ ኢተመይጡ እንዘ እሙንቱ ቦቱ ወኢሰምዑ ቃለ መጻሕፍት ወሶበ ንቤሎሙ ብዙኀ ጊዜያተ ንሕነሰ ኢንቤለክሙ ምንተኒ እምነበ ርእስነ አላ ንዜከር ዘነበብዎ አበው ቅዱሳን መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እለ አርትዑ ተዋሕዶተ ክርስቶስ አምላክነ እስመ እሙንቱ አእመርዎ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘእንበለ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወናሁ በጠለ ወተፈጸመ ለግሙራ ዝክረ ምንታዌ እምድኅረ ተዋሕዶ።	15 ንሳቶም ግና ካብቲ ዘለውዎ ክሕደት ኣይተመልሱን፣ ቃል መጻሕፍቲ ውን ኣይሰምዑን። ንሕናስ ናይ ፈጣሪና ክርስቶስ ተዋሕዶ ዘረድኡ መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ቅዱሳን ኣቦታትና ዝበልዎ ደኣ እምበር፣ ካብ ርእስና ኣንቂዕና ዋላ ሓደ ኣይተዛረብናኹምን። 'ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ድኀሪ ተዋሕዶ ሓደ ባህርይ ኮነ' እዮም ዝበሉ እምበር ክልተ ባህርይ እዩ ኢሎም ኣይመሃሩናን፣ ድኀሪ ተዋሕዶ ክልተ ምባል እንሆ ፈጺሙ ተሪፉ እዩ' ኢልና ደጋጊምና እንተነገርናዮም እኳ ንሳቶም ካብቲ ክሕደቶም ኣይተመልሱን፣ መጻሕፍቲ ዝበልዎ ውን ኣይሰምዑን።
፲፮ ወሶበ ሰምዐ ሊቀ ጳጳሳት ዘንተ ይቤ መነሃ እምነ ሊቃውንት ታበጽሑ ለነ በዘትሔልዩ ወትብሉ ከመ ትክሥትዎ ለነ አውሣእናሁ ከመ ንሕነ ንበጽሕ እምነገረ ኵሎሙ ሊቃውንት አርታዕያነ ሃይማኖት ወጽንዓ ለቤተ ክርስቲያን ወኵሉ ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ በበዘመኑ።	16 እቲ ሊቀ ጳጳሳት ነዚ ምስ ሰምዐ፥ 'ነዚ ሓሲብኩም ትዛረብዎ ተዋሕዶ ንከተረድኡ ካብ ሊቃውንት ንመን ጠቒስኩም ተምጽኡልና፡' በለ። ንሕና ድማ ካብቲ ሃይማኖት ዘቕንዑ ቤተ ክርስቲያን ዘጽንዑ ኵሎም ሊቃውንት ዝበልዎ፣ ካብቲ ነፍስ ወከፎም ኵሎም በብዘመኑ ዝተዛረብዎ ኣምጺእና ንከነረድእ መለስናሉ።
፲፯ ወይቤ ታጤይቁነኑ እምነገረ ቅዱስ ቄርሎስ ስምዐ ዝንቱ ተዋሕዶ ዘዘከርክሙ ወአሰፈውናሁ ከመ ንሕነ ንገብር ዘንተ ወሐለየ ከመ ዘኢንክል ንሕነ ዘንተ ወኢነአምር ወጸሐፍነ	17 'ነቲ ዝበልክምዎ ናይዚ ናይ ተዋሕዶ ምስክር፣ ካብቲ ቅዱስ ቄርሎስ ዝበሎ ኣምጺእኩም ተረድኡና ዲኹም፡' በለ። 'እወ ነዚ ከነምጽእ ኢና' በልናዮ። ንሱ ግና ከነረድእ ዘይኽእል ዘይተመሃርና መሲልዎ ነበረ። ነዚ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ

ዘዮሐንስ ም፡፲፱	ዘዮሐንስ ም፡102
ስምዓተ ዘዘከርናሆሙ በተፍጻሜተ ዝንቱ መጽሐፍ በጽርእ ወአብጻሕናሃ ወመጠ ውናሃ ሎቱ ወሶበ ነጸረ ውእቱ ዘውስቴታ ዐቀመ ወኢያንበባ።	መጽሓፍ'ዚ ንዝገለጽናዮ ንዝተዛረብናዮ መሸኻክር ብቓንቓ ጽርኢ ጽሒፍና ኣምጺእና ሃብናዮ። ንሱ ኸኣ ኣብኣ ንዘሎ ኃይለ ቃል ርእዩ ስቕ በለ ኣየንበባን።
፲፰ ወእቤሎ ኢይኤዝዝኑ ሊቀ ጳጳሳት ይትነበባ ቅድሚሁ እላ ስምዓት ዘሊቃውንት ኦርቶዶክሳውያን ርቱዓነ ሃይማኖት ዘንሕነ ወእንትሙ ኅቡራን በቃሎሙ ወእሙንቱ አበዊነ ወጠይቁ ዘዘከርዎ አበው ወናሁ እላ ስምዓተ አበው ወአርእዩነ ማእዜ ሰመይዎ ፪ተ ህላዌያተ እምቅድመ ተዋሕዶኑ አው እምድኅሬሁ።	18 'ነቶም ንሕናን ንሸኻትኩምን በቲ ትምህርቶም ጸኒዕና እንነብር ሃይማኖቶም ዝቐንዔት ኦርቶዶክሳውያን ሊቃውንት ዝበልዎም ነዞም መሸኻክር ንኽንበቡ ሊቀ ጳጳሳት ኣይእዝዝን ዲዩ፡' በልክዎ። እዚኣም ኣቦታትና እዮም፡ ኣቦታት ንዝበልዎ ተረድኡ፡ ናይ ሊቃውንቲ መሸኻክር እንሆ እዚኣቶም እዮም። ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝበልዎ መዓስ እዩ፡ ቅድሚ ተዋሕዶ ድዩ ዋላስ ድኅሪ ተዋሕዶ እስከ ኣረድኡና።
፲፱ ወንሕነሰ ንሠምር በዘዘከርዎ አበው ወናሁ እላ ስምዓት ጎዳጣት እምዘነበቡ አበው እስመ ንሕነ ኢነአምር ልሳነክሙ ወበእንተ ዝንቱ አጎጸርነ ዘዘከርነ ወጎዳጥ ውእቱ እምብዙኅ ከመ ታእምሩ ጽድቀ ቃልነ ዘንትአመኖ ወኢተሐልዩ ከመ ንሕነ ኢነአምር ሃይማኖትነ ወዲበ ስሕተት ሀሎነ ወእሙንቱሰ ኢያውሥኡ አሐተ ቃለ ዘእንበለዝ ዘተጎሥሦ።	19 ንሕና ግና ኣቦታትና ዝበልዎ ንኣምን ኢና። ካብቶም ሊቃውንቲ ዝተዛረብዎም መሸኻክር እንሆ ውጉዳት እዚኣቶም እዮም። ንሕና ቋንቋኹም ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ ድማ ነገርና ዘጎፀርና። እዚ ኸኣ ነቲ እንኣምኖ ሓቀኛ ዘረባና ምእንቲ ኽትፈልጡ ካብቲ ብዙኅ ብጒደቱ እዩ። ንሕና ሃይማኖትና ከምዘይንፈልጥን ኣብ ስሕተት ከምዘሎናን ጌርኩም ኣይትሕሰቡ።' በልኩ። ንሳቶም ግና ዘይጠቅም ዘረባ ካብ ምዝራብ ኃሊፎም ሓንቲ ቃል እኳ ኣይመለሱን።
፳ ወይቤሉ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ውስተ መልእክቱ ቀዳማይ ጎበ አቅላንዲኖስ እንዘ ያስተጋፍሮ ባቲ ለአፋሊናርዮስ ወይጌሥፆ ከመ ክርስቶስ ኢነሥአ ሥጋ ፍጹመ ዘበቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ዘከመ ሥጋ ወነፍስ ወንቤሎሙ አንብብዋ ለመልእክት እምጥንታ እስከ ተፍጻሜታ ወጠይቁ ጽድቀ ዝንቱ ቅዱስ ዘከመ እፎ ይሠርዕ ለነ ዐቅመ ውስተ ዛቲ መልእክት እንተ እምኔሃ አምጻእክሙ ስምዐ ወውስቴታ ይብል አኮ ካልእ ወካልእ ሐሰ በእግዚአብሔር አላ ፪ኤሆሙ ፩ዱ በተዋሕዶ አኮ	20 ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ፥ ነቲ 'ክርስቶስ እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ኣይወሰደን' ንዝበለ ኣፉሊናርዮስ ንክግሥፅ ናብ ኣቅላንዲኖስ ኣብ ዝለኣኸ ቀዳማይ መልእኽቱ፥ 'ከም ሥጋን ነፍስን ክልተ ባህርያት እዩ' ኢሉ በሉ። ንሕና ድማ 'ነታ መልእኽቲ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መጨረሽታ ኣንብብዋ፥ ካብኣ ምስክር ጠቒስኩም ኣብ ዘምጻእኩምላ መልእኽቲ ንተዋሕዶ ከመይ ኢሉ ወሲኑ ከምዝጸሓፈልና ናይ'ዚ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ሃይማኖት ተረድኡ። ኣብኣ ውን 'ክልቲኦም ብተዋሕዶ ሓደ እዮም እምበር ካልእን ካልእን ማለት ዝተፈላለየ ዝተኸፋፈለ ኣይኮነን፥ እዚ ንእግዚኣብሔር ክንገር ኣይግባእን።' ይብል።

ዘዮሐንስ ም፡፱፱	ዘዮሐንስ ም፡102
ዘያበውእ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ላዕለ ክርስቶስ ቱስሕተ ወትድምርተ ወባሕቱ ይቤ ዘንተ ከመ ያጠይቅ ተዋሕዶ ወከመ ይትአመር ከመ ውእቱ ፩ዱ ዘተሠገወ ወአኮ ፪ቱ ህላዌያት በከመ ትብሉ።	ኣብ ክርስቶስ ምትሕውሳ ኮነ ምጥፍፋእ ክንገር ኣይግባእን። ግና ተዋሕዶ ንከረድእ ሰብ ዝኾነ ሓደ ከምዝኾነ፡ ንሸኻትኩም ከም እትብልዎ ውን ክልተ ባህርይ ከምዘይኮነ ምእንቲ ኽፍለጥ እዩ ነዚ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝተዛረበ በልናዮም።
፳፩ ወእሙንቱሰ ይትቃወሙ ዘከመ ያለምዱ ወይብሉ እንከሰ ናሁ ትገብሩ ቱሳሔ ወድማሬ ወትብሉ ከመ መለኮት ሐመ እመሰ ትብሉ ፩ደ ህላዌ ወእግዚአብሔር ባሕቲቱ የአምር ዘኮነ ወዘነበብኩ ምስለዝ ሕዝብ ዘንብሩ ላዕ ሌየ እስመ ተጋብኡ ላዕሌየ ፲ተወ፪ተ ጊዜያተ እስከ ዛቲ ሰዓት።	21 ንሳቶም ግና ከምቲ ዝለመድዎ 'እምበኣር ፈጺሙ ተሓዋወሰ ማለትኩም እዩ፡ ሓደ ባህርይ እንተበልኩም መለኮት ሐመ ሞተ ማለትኩም እዩ' እናበሉ ይከራኸሩ ነበሩ። ነቲ ዝኾነን ምስቶም ጎቢሮም ዝተላዕሉኒ ሕዝቢ ዝተዛረብክዎን እግዚኣብሔር ጥራይ ይፈልጥ። ከመይ ክሳዕ እዛ ሰዓትዚኣ 12 ጊዜ ኣኼባ ገሮሙለይ እዮም።
፳፪ ወከመዝ ውእቱ ርትዐ ስምዓት ዘጸሐፍነ ሎሙ በጽርእ እንዘ ናጸድቅ ትምህርታተ ቅዱስ ቄርሎስ ወቅድመ ዘዘከረ ቄርሎስ እምድርሳነ ቅዱስ አትናቴዎስ በእንተ ሥጋዌሁ ለእግዚአብሔር ቃል ውስተ ድርሳኑ እንበይነ ድያድርስ ወእንበይነ ሳምሳጢ ጳውሎስ ወይቤ ውእቱሰ ክመ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ውእቱሰ ክመ ወልደ እጓለ እመሕያው በሥጋ ወኢንቤ ከመ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ለዝኩ ወልድ ዋሕድ ፩ዱ ዘይሰገድ ወካልኡ ዘኢይሰገድ አላ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወሎቱ ንሰግድ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ ወመትሎሁ ለዝ ነገር ዘየአምር ዕበይክሙ ወኢንፈቅድ ተናግሮቶ።	22 ቅዱስ ቄርሎስ ዝመሃሮ ትምህርቲ እናረዳእና ብቕንቋ ጽርኢ ዝጸሓፍናሎም ናይ መሸኻክር ሓቅነት ከምዚ እዩ፥ ኣቐዲምና ዝጸሓፍናዮ ውን ነቲ ቅዱስ ቄርሎስ፡ እግዚኣብሔር ቃል ብዛዕባ ሰብ ምኻኑ ካብቲ ኣትናቴዎስ ዝተዛረቦ ድርሳኑ ኣምጺኡ፡ ብዛዕባ ድያድርስን ሳምሳጢ ጳውሎስን ኣብ ዝጸሓፎ ድርሳኑ ዝተዛረቦ እዩ። 'ብመለኮቱ ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ንሱ ኮሉ ጊዜ ንሱ እዩ፡ ብሥጋ ውን ካብ ሰብ ዝተወልደ ንሱ እዩ። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ነዚ ወልድ ነቲ ሓደ ዝስገደሉ ነቲ ሓደ ኸኣ ዘይስገደሉ ክልተ ባህርያት ከምዘለውዎ ኣይንዛረብን። እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ባህርይ እዩ እምበር። ሥጋኡ ፍሉይ እዩ ከይበልና ንእኡ ሓንቲ ስግደት ንሰግድ' ይብል። ካብዚ ስዒቡ ዘሎ ድማ እቲ ፈላጥ ሰብነትኩም ዝፈልጦ እዩ፡ ንሕና ክንዛረቦ ኣይንደልን።
፳፫ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ ዘጸሐፈ ጎበ አናንዮስ ንጉሥ እንዘ ይብል ለነሰ ይደልወነ ንበል ወንትአመን በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ቃል ዘተሠገወ ወተሰብአ ፍጹመ በእንቲአነ ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወዘሰ ኢይትአመን ከመዝ ከሐዲሁ ለእግዚአብሔር ውእቱ ወተቃዋሚሆሙ ለአበዊነ ቅዱሳን	23 ደጊሙ ድማ ኣብቲ ናብ ንጉሥ ኣናንዮስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ 'ንኣናስ ምእንታና ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ቃል፡ ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ብዘይካ ኃጢኣት ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ከምዝሠርሐ ንኣምን ክንብል ይግብኣና' በለ። 'ከምዚ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ኢሉ ዘይኣምን ግና ንእግዚኣብሔር ዝኸሓደ እዩ፡ ከምኡ ውን ናይቶም ነታ

ዘዮሐንስ ም፡፻፪	ዘዮሐንስ ም፡102
መምህራኑ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	ሐዋርያት ዝአክብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝመሃሩ ቅዱሳን አበው ተቓዋሚ እዩ፡' በለ።
፳፬ እምንባበ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ውእቱ ይብል በእንተ ሃይማኖት ውእቱ አምላክ ዘበአማን ዘኢሥግው ወእምዝ ተሠገወ ወአስተርአየ ፍጹመ ዘበአማን ወኢንቤ በእንተ ወልድ ዋሕድ ቦቱ ክልኤቱ ህላዌያት ወክልኤቱ ገጻት ወክልኤቱ አካላት ወኢንሰግድ ረቢዐነ ለእግዚአብሔር ወለወልደ እግዚአብሔር ወለወልደ እጓለ እመሕያው ወለመንፈስ ቅዱስ ወበእንተ ዝንቱ ናወግዝ ኵሎሙ መናፍቃነ እለ ይትአምኑ ከመዝ ወይሬስይዎ ለብእሲ ውስተ ስብሐተ እግዚአብሔር።	24 ካብቲ ገባሬ ተኣምራት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝበሎ፥ ንሱ ብዛዕባ ሃይማኖት ክዛረብ ከሎ፥ 'ንሱ ሥጋ ዘይነበሮ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ብድጎር'ዚ ሰብ ኮነ። ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ተገልጸ' ይብል። ብዛዕባ'ቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ክንዛረብ ከሎና ክልተ ባህርያት ክልተ ገጻት ክልተ ኣካላት ኣለዎ ኣይበ ልናን። ኣርባዕተ ጌርና፥ ንእግዚኣብሔር፡ ንወልደ እግዚኣብሔር፡ ንወዲ ሰብ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ኢልና ኣይንሰግድን። ምእንት'ዚ ድማ ከምዚ ኣርባዕተ ጌሮም ንዝኣምኑን፡ ንዕሩቕ ብእሲ ካልኣይ ኣምላኽ ንዝገብርዎን ኵሎም መናፍቓን ነውግዞም' ይብል።
፳፭ እምቃለ ቅዱስ ዮልዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሮሜ ዘይቤ በድርሳኑ እንዘ ያስተጋፍሮሙ ለዐላውያን በእንተ ተሠግዎቱ ለእግዚአብሔር ቃል ወዕ ሪናሁ ምስለ መለኮት ወድንግልሰ ሶበ ወለደቶ ለሥጋ ለቃልሂ ወለደቶ ወበእንተ ዝንቱ ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል ይእቲ ወአይሁድኒ ሶበ ሰቀልዎ ለሥጋ ሰቀልዎ ለእግዚአብሔር ቃል ወአልቦ ፍልጠት ማዕከለ ቃል ወሥጋ ለግሙራ ይረክብ ብእሲ ዘተግህ ውስተ መጻሕፍት አምላካውያት ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ቃል ዘተሠገወ ወተሰብአ በከመ ፍጹም ውእቱ በትስብእቱ ዓዲመ ፍጹም ውእቱ በመለኮቱ።	25 ካብቲ ናይ ሮማ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ዮልዮስ ንመናፍቓን ነቒፉ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል ሥጋ ምውሓዱን ሥጋ ምስ መለኮት ሓደ ምኻኑን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ዝበሎ ቃል ድማ፥ ድንግል ንሥጋ ኣብ ዝወለደትሉ ጊዜ ንቃል ውን ወለደቶ፡ ስለዚ ኽኣ ወላዲት እግዚኣብሔር ቃል ተባህለት። ኣይሁድ ንሥጋ ኣብ ዝሰቐልሉ ጊዜ ንእግዚኣብሔር ቃል ውን ሰቐልዎ። ኣብ መንጎ ቃልን ሥጋን ፈጺሙ ፍልልይ የልቦን። ነቶም ኣምላኽ ዘጽሕፎም መጻሕፍቲ ብትግሃት ዘንብብ ሰብ፥ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ይፈልጥ እዩ። ፍጹም ሰብ ከምዝኾነ ከምኡ ድማ ፍጹም ኣምላኽ እዩ።
፳፮ ወካዕበ ይቤ በድርሳኑ በእንተ ተዋሕዶተ ሥጋ ክርስቶስ ወመለኮቱ ዘንትአመን ቦቱ ወዝንቱሰ ፍጡር ተዋሐደ ምስለ ዘኢተፈጥረ ወፈጣሪኒ ዓዲ ተዋሐደ ምስለ ፍጡር በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ወኢኮነ ፪ተ ህላዌያተ አላ ፩ዱ እሙንቱ ፪ኤሆሙ።	26 ደጊሙ ውን ብዛዕባ'ቲ እንኣምኖ ውሕደት ናይ ክርስቶስ ሥጋኡን መለኮቱን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ እዚ ፍጡር ሥጋ ምስቲ ዘይተፈጥረ መለኮት ተዋሓደ፡ ፈጣሪ ውን ምስቲ ፍጡር ሥጋ ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ብምኻን ተዋሓደ። ክልቲኣም ሓደ ኾኑ እምበር ክልተ ባህርይ ኣይኮኑን።

ዘዮሐንስ ም፡ያያ	ዘዮሐንስ ም፡102
፩ኂ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ ጎበ ዲዮናስዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ያጌብሮሙ እንከሰ ለእለ ይትአምኑ በ፪ቱ ህላዌያት ለ፩ዱ ይሰግዱ ወለካልኡ ኢይሰግዱ በአምላካዊ ይጠመቁ ወበትስብእታዊ ኢይጠመቁ እመሰ በሞተ ክርስቶስ ንጠመቅ በ፩ዱ ህላዌ ንትአመን ወኢንከፍሎ ለእግዚአብሔር ቃል ጎበ ፪ቱ ክፍል ወኢጎበ ፪ቱ ህላዌያት ንሕነሰ ነአምን ወንትአመን በ፩ዱ ህላዌ ወበ፩ዱ ገጽ ወበ፩ዱ አካል ቃል ዘተሠገወ ወተሰብአ ወንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ ወመለኮትሰ ኢሐማሚ ውእቱ ወበሥጋ ባሕቲቱ ሐመ ከመ ትኩን ጥምቀትነ በእግዚአብሔር ወፍጻሜሃኒ በሞተ እግዚአብሔር ። ኢሳ ፷፫፡፱። ሮሜ ፮፡፫-፭። ፩ኂ እምቃለ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ቴዎሳሎስ ዘደረሰ በእንተ ልደቱ ለእግዚእነ ክርስቶስ ወፅአ እግዚአብሔር ቃል አሐደ እንዘ ይትዋሐድ ክልኤተ ዘውእቶሙ ነፍስ ወሥጋ ወካዕበ ይቤ በድርሳኑ በእንተ ቃለ እግዚአብሔር እምወንጌል ኢኮነ ፪ተ አላ ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ ሠምረ እግዚአብሔር ይኩን ሰብአ ወአስተዋሐዶ ለነሣኢ ምስለ ዘተነሥአ ወንብል ፪ቱ ህላዌያት ኮኑ ፩ደ እንበለ ውላጤ ወኢፍልጠት። ዮሐ ፫፡፲፫። ፩ኂ እምቃለ ቅዱስ ቄርሎስ ዘፈነዋ ጎበ አቃቂሮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሚልጢ አ ለዝንቱ ዘእምኔሁ ዝንቱ ፩ዱ ባሕቲቱ ወልድ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በአኀጽሮ ንብል ፪ቱ ህላዌያት ኮኑ አሐደ ወእምድኅረ ተዋሕዶ ጠፍአ ለግሙራ ግብረ ፪ቱ ወኮኑ ፩ደ ህላዌ እንበለ ተፋልሶ ወኢውላጤ ወነአምን በወልድ ዋሕድ ዘተሠገወ ወተሰብአ እሙነ ወአኮ በምትሐት።	27 ከምኡ ውን ናብ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስ ቆጵስ ዲዮናስዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ እምበኣር እቶም ብክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ዝኣምኑ ነቲ ሓደ ከምዝሰግዱ ነቲ ሓደ ግና ከምዘይሰግዱ፣ በቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ከምዝኸብሩ በቲ ሰብኣዊ ባህርይ ግና ኽኸይከብሩ ግዲ ይኾኖም። ብሞት ክርስቶስ ኽኸብር እንተ ደኣ ኾይንና ሓደ ባህርይ ኢልና ኢና ንኣምን። ንእግዚኣብሔር ቃል ናብ ክልተ ወገን ኮነ ናብ ክልተ ባህርያት ኣይኽፍሎን ኢና። ንሕናስ እቲ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ቃል፣ ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ንኣምንን ንተኣማመንን ኢና። ሥጋኡ ፍሉይ እዩ ከይበልና ንእኡ ሓንቲ ስግደት ንሰግድ። መለኮትሲ ዘይሓምም እዩ፣ ብሥጋ ጥራይ ሓመመ። እዚ ኽኣ እቲ ምኽባርና ብእግዚኣብሔር፣ እቲ ናይ ክብርና ፍጻሜ ድማ ብሞት እግዚኣብሔር ንኽትከውን እዩ። ኢሳ 63፡9። ሮሜ 6፡3-6። 28 ሓድነትን ሠለስተነትን ዝተናገረ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ልደት ክርስቶስ ካብቲ ዝበሎ ቃል፥ እግዚኣብሔር ቃል ንክልቲኣም ማለት ንነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሓደ ኮይኑ ተወልደ። ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል ካብ ወንጌል ኣምጺኡ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ካብ ክልተ ሓደ ዝኾነ እምበር ክልተ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ሰብ ንኽኸውን ፈተወ። ወሳዲ ምስ ተወሳዲ (መራዊ ምስ ተመራዊ) ኣወሓሓዶ። እዞም ክልተ ባህርያት ብዘይምልዋጥን ብዘይምፍላይን ሓደ ኮኑ ንብል። ዮሐ 3፡13። 29 ቅዱስ ቄርሎስ ናብ ናይ ሚልጢ ኤጲስ ቆጶስ ኣቃቂሮስ ካብ ዝለኣኾ ቃል፥ ነቲ ካብዚ ሓደ ጥራይ ዝኾነ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ምሥጢር (ሰብ ምኻን) ኣድናቕት ይግባእ። ብሓፂሩ 'ክልተ ባህርያት ሓደ ኾኑ' ንብል ኣሎና።ድጎሪ ተዋሕዶ ውን ማንታኑት ፈጺሙ ጠፍኣ። ብዘይ ምፍላስን ብዘይምልዋጥን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮኑ። ብሓሶት ዘይኮነስ ብሓቂ በቲ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ወልድ ንኣምን።

ዘዮሐንስ ም፡፻፪

፴፱ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ ዘፈነዎ ኀበ ሰፎንስስ ወሶበ ንሔሊ በልቡና ትሥጉቶ ለእግዚአብሔር ቃል ንሬኢ ከመ ፪ቱ ህላዌያት ኮኑ አሐደ እንበለ ፍልጠት ወኢትድምርት ወኢውላጤ እስመ ሥጋ ውእቱ ወኢኮነ መለኮተ ወለእመ ኮነ እግዚአብሔር ቃል ሥጋ በአርአያሂ እግዚአብሔር እስመ ቃል ውእቱ እግዚአብሔር ወአኮ ውእቱ ሥጋ ወለእመሂ ለብሰ ሥጋ በሥርዓት ዘሠርዐ ለርእሱ ወዝንቱሂ አኮ ዘያጠፍእ ተዋሕዶ ወኢንከፍሎ ለ፩ዱ እግዚ አብሔር ኀበ ፪ቱ ክፍል ወኢኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወዳእሙ ንብል ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬።

፵፩ ወካዕበ ይቤ በጠማሩ ዳግሚት እንዘ ያስትጋፍሮ ለንስጥሮስ ዕልው ንሕነሰ ነአምን በ፩ዱ ወልድ ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ ቅድመ ወበደኃሪ መዋዕል ተወልደ እምቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወኢንቤ ለዝንቱ ወልድ ዋሕድ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ አላ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ቃል ዘተሠገወ በእንቲአነ ወከመዝ ውእቱ እምነትነ ወዓዲ ንሕነ ነአምሮ ዘበአማን ለእግዚ አብሔር ቃል ከመ ብእሲ ዘእምነፍስ ወሥጋ ኢይትበሃል ፪ቱ ሰብእ አላ ፩ዱ ውእቱ ብእሲ።

፵፪ ወካዕበ ይቤ በድርሳኑ ዘፈነዎ ኀበ ቴዎዶስዮስ ንጉሥ አኮ በሐድሶ ወኢበግብር እምነ ግብራት ዘይደሉ ይበልዎ ለእግዚአብሔር ቃል ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ አሐዱ ተዋሕዶ ወዳእሙ ንፈልጥ አካላተ በበገጻቲሆሙ ለሠለስቲሆሙ ወበህላዌ ቃልሰ ኢንፈልጦ ወኢንከፍሎ ለ፪ኤቱ ክፍል እስመ ንሕነ ኢነአምር በ፩ዱ ክርስቶስ ፪ተ ህላዌያተ ወኢይደሉ ይክፍልዎ ኀበ

ዘዮሐንስ ም፡፻፪

30 ከምኡ ውን ናብ ሰፎንስስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻን ብልቡና ምስ እንምርምሮ፡ ክልተ ባህርያት ብዘይምፍላይን ብዘይምትሕውሳን ብዘይ ምልዋጥን ሓደ ከምዝኾኑ ንርኢ። ከመይ ሥጋ ሥጋ እዩ፡ ተለዊጡ መለኮት ዝኾነ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ቃል፡ ሰብ ውን እንተኾነ ብባህሪኡ ኣምላኽ እዩ። ከመይ ቃል፡ እግዚኣብሔር እዩ፡ ዕሩቕ ብእሲ ውን ኣይኮነን። ዋላ ውን ብዝተፈልየ ኣካሉ በቲ ዝሠርያ ሥርዓት ሥጋ እንተ ለበሰ፡ እዚ ሥርዓት'ዚ ንተዋሕዶ ዘጥፍእ ኣይኮነን። ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እዩ ንብል ደኣ እምበር ንሓደ እግዚኣብሔር ናብ ክልተ ኣካል ናብ ክልተ ባህርይ ኣይንኸፍሎን ኢና። ዮሓ 1፡1-14።

31 ደጊሙ ውን ንከሓዲ ንስጥሮስ ከጎፍር ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፥ 'ንሕናስ በቲ ኣቐዲሙ ካብ እብ ዝተወልደ፡ ብዳጎራይ ዘመን ውን ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ዝተወልደ ብሓደ ወልድ ንኣምን ኢና' በለ። ምእንታና ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ እምበር ነዚ ወልድ ዋሕድ ድጎሪ ተዋሕዶ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ ኣይንብልን። እምነትና ከምዚ ዝብል እዩ። ከምኡ ውን እቲ ካብ ነፍስን ሥጋን ዝተፈጥረ ሰብ ሓደ ይበሃል እምበር ክልተ ሰብ ከም ዘይበሃል ከምኡ ኸኣ ንእግዚኣብሔር ቃል ሓደ ከምዝኾነ ንሕና ብሓቂ ንፈልጦ ኢና።

32 ከምኡ ውን ናብ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣብ ዝለኣኻ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ሓድሽ ነገር ብምምጻእ ኮነ፡ ካብ ሥራሓት ብዝኾነ ይኹን ሥራሕ ድጎሪ ሓደ ተዋሕዶ ንእግዚኣብሔር ቃል ክልተ ኣካላት ክልተ ባህርያት ክብልዎ ኣይግባእን። ንሠለስተ ኣካላት በብገንዘቦም ፈሊና ንኣምን። ንናይ ቃል ኣካል ናብ ክልተ ወገን ኣይንፈልዮን ኣይንኸፍሎን ኢና። ምኽንያቱ ንሕና ኣብ ሓደ ክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣይንፈልጥን ኢና። ናብ ክልተ ባህርያት ውን ክኸፍልዎ ኣይግባእን።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፪	ዘዮሐንስ ም፡ 102
፪ቱ፡ ህላዌያት ነጽሩኬ ወጠይቁ እሎንተ ቃላተ ዘነበበ መንፈስ ቅዱስ በልሳነ አበው ቅዱሳን ወዘከሠቶ አብ ቅዱስ ቄርሎስ ውስተ ኮሎን መጻሕፍቲሁ ዘብርሃኖን ከመ ብርሃነ ፀሐይ።	ነዞም መንፈስ ቅዱስአብ ቅዱሳን አቦታት ኃዲሩ ዝተዛረቦም ቃላት ፈሊጥኩም ተረድኡ። አብተን ኮለን ብርሃነን ከም ብርሃን ፀሐይ ዝኾና መጻሕፍቱ ቅዱስ ቄርሎስ ዝገለጸሎም ቃላት ውን ፍለጡ።
፴፫ ወዓዲ ከሠተ ለነ በእንተ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል እስመ ውእቱሰ ውስተ ኮሉ መጻሕፍቲሁ ያወግዝ ወይብል እስመ ሕሊና ሶበ ይኔጽር በልባዌ ይኔጽሮሙ ለ፪ቱ፡ ህላዌያት ከመ ኮኑ አሐደ ወዓዲ ይቤ ነአምን በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ አርአያ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ እንበለ ተፋልሶ ወኢውላጤ መለኮት።	33 ደጊሙ ውን ብዛዕባ ናይ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ምኻን ኣረድኣና። ንሱ ኣብቶም ኮሎም መጻሕፍቱ የወግዝ (ይፈሊ) እዩ እሞ፡ 'ልቡና ብምስትውዓል ምስ ዝምርምር እዞም ክልተ ባህርያት ሓደ ከምዝኾኑ ይፈልጦም እዩ' ይብል። ከምኡ ውን 'እቲ መለኮቱ ከይተለወጠን ከይተፋለሰን ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ መልክዕ ከምዝኾነ ንኣምን' በለ።
፴፬ ወካዕበ ይቤ ንሕነሰ ነአምን ከመ እምነተ አበው ኄራን ወንብል ፩ዱ ውእቱ እግዚእነ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር እም፪ቱ ህላዌያት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት እለ ኮኑ ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ አካለ በተዋሕዶ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢንብል ግሙራ ኢ፪ቱ ህላዌያተ ወኢ፪ቱ አካላተ ወኢ፪ተ ፈቃደ ወኢ፪ተ ምግባራተ ፍሉጣተ ዘሰ ይነብብ ከመዝ ወይትአመን ውጉዝ ውእቱ ወምኑን እምአበዊነ ቅዱሳን መምህራነ ቅድስት ቤተክርስቲያን ዘአቅደምነ ወዘከርናሆሙ።	34 ንሕናስ ከምቲ ዓበይቲ ኣቦታትና ዝኣምንዎ እምነት ኣሚንና፡ ወልደ እግዚአብሔር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ዝኾነ እዩ ንብል። እዚኣቶም ድማ ብተዋሕዶ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ዝኾኑ መለኮትን ትስብእትን እዮም። ድኅሪ ተዋሕዶ ግና ዝተፈላለዩ ክልተ ባህርያት ክልተ ኣካላት ክልተ ፈቓዳት ክልተ ምግባራት ኣለውዎ ብፍጹም ኣይንብልን።ከምዚ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ኢሉ ዝኣምን ዝዛረብ ግና ካብቶም ኣቐዲምና ዝዘከርናዮም መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ቅዱሳን ኣቦታትና ጀሚሩ ዝተወገዘ ዝተፈልየ እዩ በለ።
፴፭ ወዝ ንባብ ወትምህርት ዘንስጥሮስ ዐላዊ ወሶበ ኮነ ንዜክር ሎሙ ትምህርቶ ርኵስተ ለንስጥሮስ ዕልው ኮነ ይትዌሰክ መዓቶሙ ፈድፋደ ወየሐምሙ ወእሙንቱሰ ያስተጥዕሙ ወይዜክሩ ትምህርታቲሁ ርኵስተ ለንስጥሮስ ዐላዊ ወብዙኅ ትግርምታተ አርአዩነ ወፈትሑ ላዕሌነ በመንግሥቶሙ።	35 እዚ ኣዘራርባን ትምህርትን ከሓዲ ንስጥሮስ እዩ። እዚ ትምህርቲ እዚ ናይ ከሓዲ ንስጥሮስ ምኻኑ ምስ ጠቐሰናሎም ተበሳጨዉ፡ ቀጥዓያም ውን ክውሸኽ ጀመረ። ንሳቶም ግና ነታ ርኽስቲ ትምህርቲ ከሓዲ ንስጥሮስ እናጠዓዓሙ ይዛረቡ። ብዙኅ ናይ ቀጥዓ መልክዕ ኣርኣዩና፡ ከም መንግሥቶም ውን ፈረዱና።
፴፮ ወሶበ ርኢናሆሙ ከመ ኢይሰምዑ ቃለ መጻሕፍት ወኢይሠምሩ በጽድቅ ንቤሎሙ ንሕነሰ አኮ በፈቃድነ ዘመጻእነ ኀቤክሙ ወኢፈቀድነ ተዋሥኦ ተክሙ አላ አገበርክሙነ አንትሙ	36 ቃል መጻሕፍቲ ከምዘይሰምዑ ንተዋሕዶ ውን ከምዘይኣምኑ ምስ ርኣናዮም፡ ንሕናስ ብፍቓድና ናብኻትኩም ኣይመጻእና፡ ክንከራኸረኩም ውን ኣይደለናን። ንሸኻ ትኩም ደኣ ቃል ንጉሥ ምኽንያት ገርኩም ኣገደድኩምና ክሳዕ እዚ ውን

ዘዮሐንስ ም፡ ፲፪	ዘዮሐንስ ም፡ 102
በቃለ ንጉሥ ወአብጻሕክሙነ ወሶበ ተስእልክሙነ ሥርወ ሃይማኖትነ ዘመሀሩነ አበዊነ ትሩፋን መምህራን ርቱዓነ ሃይማኖት እለ ርዕዩ ቤተ ክርስቲያኑ ለእግዚአብሔር ወተጋደሉ በእንቲአነ ወከሡቱ ሃይማኖተ ሐዋርያዊ ወአኮ አንትሙሰ እምኔሆሙ ዘትሰምዑ ወኢእምኔነ ወፈጽሙ ግብረ አበዊክሙ ወትልዉ አሠሮሙ ወንሕነሰ ንተሉ አሠረ አበዊነ። ዮሐ ፰፡፶፫-፶፭።	አብጻሕኩሙና። ሃይማኖትና ገሊጽና ኀቡንነግረኩም ምስ ሓተትኩምና እቶም ሃይማኖቶም ቅኑዕ፡ ናይ እግዚአብሔር ቤተ ክርስቲያን ዝሓለዉን ምእንትኣ መከራ ዝተቐበሉን ከምኡ ውን ካብ ሓዋርያት ተተንጊዙ ንዝመጸት ሃይማኖት ዘረድኡ ፍጹማን መምህራን ኣቦታትና ዝመሃሩና ጥንታዊ ሃይማኖትና ነገርናኩም። ንሸኻትኩም ግና ነቲ ናቶምን ናትናን እትሰምዑ ኣይኮንኩምን። ንሸኻትኩም ነቲ ናይ ኣቦታትኩም ሥራሕ ፈጽሙን ኣሠሮም ሰዓቡን፡ ንሕና ድማ ነቲ ኣሠር ኣቦታትና ክንጎዝ ኢና በልናዮም። ዮሓ 8፡43-47።
፵፮ ወሶበ ርእዩነ ከመ አፍርሆቶሙ ወትግርምቶሙ ኢያሰስለነ እምዘንሕነ ላዕሌሁ ወኢሰሐበነ አሰፍዎቶሙ ወክብሮሙ ወድካመ ኃይልነ ኀበ ዘይፈቅድዎ ወንሕነሰ መጠነ ነፍሰነ ለሞት ዘሀለዎ ይኩን ወሶበ ርእዩነ ከመ ንሕነ ንትዔገሥ እስከ ለሞት አኀዙነ ወሞቅሑነ ውስተ ቤተ ሞቅሕ ወንሕነ ሀሎነ እስከ ይእዜ ንሴፎ ምሕረተ እግዚአብሔር ከመ ትርከበነ በኃይለ ጸሎትክሙ ወሕሊናነሰ ጽኑዕ በኃይለ እግዚአብሔር ወኢቦአ ውስተ አልባቢነ ፍርሃት ወድንጋፄ።	37 እቲ ምፍርራሆምን ምግራሞምን፡ ካብቲ ንሕና ዘሎናዮ ሃይማኖት ከምዘየናወጽና፡ 'ክንሸመኩም ኢና፡ ክንሸልመኩም ኢና' ምባሎም፡ ክብሮም ምርኣዮም፡ እቲ ንኡስ ዓቕምና ውን ናብቲ ዝደለይዎ ከምዘይሰሓበና ምስ ርኣዩ፡ ከምኡ ውን ንሕና 'ነዚ ዘይተርፍ ሞት ሰብነትና ኣጎሊፍና ክንህብ ኢና' ክንብል ምስ ርኣዩና፡ ዋላ ውን ክሳዕ ንሞት ነቲ መከራ ከም እንዕገሥ ምስ ርኣዩና፡ ጎዞም ኣብ ቤት ማእሠርቲ ኣሠሩና። ንሕና ግና ብረድኤት ጸሎትኩም፡ ምሕረት እግዚ አብሔር ኀኽትገበረልና ብተስፋ ክሳዕ ሎሚ ኣሎና። ልብና ውን ብኃይሊ እግዚአብሔር ጸንዐ፡ ኣብ ልብና ኸኣ ፍርሃት ኮነ ፍርሒ ኣይኃደረን።
፵፯ ወንትአመን ቦቱ ከመ ውእቱ ኢያረምም በእንቲአነ ወከመ ውእቱ ይፈትሕ ለነ ወይሁበነ ፍሥሐ ወማኅተመ ሠናየ ወዘጸውዐነ ለነቢበ እሉ ቃላት የአምር ከመ ንሕነ ኢነበብነ ሕስው በእንተ ሃይማኖትነ ወከመ ትርአዩነሂ ገጸነ ርኁቃን አንትሙ ወከመ ትሰምዑነሂ ንባበነ አንትሙ ኢሀሎክሙ ምስሌነ።	38 ሸለል ከምዘይብለና፡ ከምዝፈርደልናን ፍጻሜኡ ዝጸበቐ ሓጕስ ከምዝህበናን ንኣምን። እቲ ነዞም ቃላት ንምዝራብ ዘብቅዓና ንሱ፡ ስለ ሃይማኖት ሓሶት ከምዘይተዛረብና ይፈልጥ እዩ። ገጽና ንከይትርእዩ ርኁቕት ኢኹም፡ ዘረባና ንከይትሰምዑ ውን ምሳና የሎኹምን።
፵፰ ወባሕቱ ንሕነ ነአምር ከመ ትቴክዙ አንትሙ በእንቲአነ ወበእንተ ሕጸጸ አእምሮትነ እስመ ፩ዱ አባል ንሕነ በበይናቲነ ወሶበ የሐምም ፩ዱ አባል	39 እንተኾነ ግና ስሌናን ስለ ድኹም ኣእምሮናን ንሸኻትኩም ከም እትኃዝኑ ንሕና ንፈልጥ ኢና። ምኽንያቱ ንሕና ነሓድሕድና ሓደ ኣካል ኢና፡

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፪	ዘዮሐንስ ም፡ 102
እስመ ኮሎሙ በአካላት የሐምሙ እስመ ኮልነ ፩ደ መንፈሰ ሰተይነ ወአሐተ ጥምቀተ ተጠመቅነ ወዓዲ ኢይባእ ዕቅፍት ውስተ አልባቢክሙ በእንቲአነ ዘይዘርእ ሰይጣን ርጉም ወኢትእመኑ ዜና ሕስወ ሶበ ይዜንዉክሙ በእንቲአነ እለ እሙንቱ አርጋኖነ ዲያብሎስ ርጉም እሉ እለ ያማስኑ ሕሊናተ ርቱዓተ ወጽሩያተ እስመ ንሕነ ሀሎነ በሃይማኖት ርትዕት ወብርህት ወጽድቅት።	ካብ አካላት ሓደ አባል ምስ ዝሓምም ውን ኮሎም አካላት ስለዝሓሙ እዩ። ከምኡ ኸአ ንሕና ኮሳትና ሓደ መንፈስ ቅዱስ ተቐበልና፡ ሓንቲ ጥምቀት ተጠመቕና። ሕጂ ውን እቲ ብሰንክና ርጉም ሰይጣን ዝዘርኦ ጥርጥር አብ ልብኹም ኣይጎደር። እዞም ንቅኑዕን ጽቡቕን ሕሊና ዝገድኡ ናይ ርጉም ዲያብሎስ አርጋኖን ዝኾኑ፡ ብዛዕባና ሓሶት ወረ እንተ አውረዩልኩም አይትእመኑ። ከመይ ንሕና አብታ ፍልጥቲ ቅንዕቲ ርድእቲ ሃይማኖት ጸኒዕና አሎና።
፵ ወንሕነሰ ሀሎነ ንጽሕቅ ለርእዮተ ገጽ ክሙ ፍሥሕት ወለሰሚዐ ዜናክሙ ወዜና ኮሎሙ መርዔትክሙ ቡሩካን ወኖሎትኒ እለ እምታሕቴክሙ ይዕ ቀቦሙ እግዚአብሔር በጸሎትክሙ ወመነኮሳትኒ እለ ውስተ ገዳማት ወአበው ቅዱሳን ወያብጽሕ ለነ እግዚአብሔር በረከተ ጸሎትክሙ ወጸሎቶሙ።	40 ንሕና ግና ነታ እተሐጉስ ገጽኩም ንምርኣይ፡ከምኡ ውን ናታትኩም ዜና፡ ናይ ቡሩኻት ደቀ መዛሙርትኹምን ኣብ ትሕቲኹም ናይ ዘለዉ መምህራንን ዜና ንምስማዕ ንደሊ ኢና። ብጸሎትኩምን በቶም ኣብ ገዳም ዘለዉ መነኮሳትን ከምኡ ውን ብጸሎት ቅዱሳን ኣቦታት እግዚኣብሔር የሓልዎም። እግዚኣብሔር በቲ ጸሎትኩምን ብጸሎቶምን ዝርከብ በረኸት የጎድረልና።
፵፩ ወንሕነ ናስተበቀኦ እምቅድሳቲክሙ ከመ ትስአልዎሙ ለኮሎሙ ቅዱሳን እለ መንገሌክሙ ቅሩባነ እምኔክሙ ወርኑቃነ ይጸልዩ ወያስተብቀኦ በእንተ ድካምነ ወበእንተ ቤተ ክርስቲያንሂ ኦርቶዶክሳዊት እሞሙ ወበእንተ ሐፃኒቶሙ እስመ ጽድቅ በጎቤነ ከመ እግዚአብሔር ኢያስተጎፍር ዘይጼውዖ በልብ ንጹሕ ወይሁቦ ስእለቶ ለዘጸለየ። ፩ኅን ፪፡፱።	41 ኮሎም እቶም ናባኻትኩም ቀሪቦምን ካባኻትኩም ርኂቐምን ዘለዉ ቅዱሳን ምእንቲ ድኻምና፡ ስለታ ብሃይማኖት ኣደኣምን ብምግባር ዘዕበየቶምን ኦርቶዶ ክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ንኽጽልዩን ክምጎፀኑን ንክትልምንዎም በቲ ቅዱስ ሰብነትኩም ንሕና ንልምን ኣሎና። እግዚኣብሔር ነቲ ብንጹሕ ልቢ ዝልምኖ ከምዘየጎፍሮ፡ ነቲ ዝልምን ውን ልመናኡ ከምዝህቦ ብኣና እሙን እዩ። 1ይ ነገ 2፡9።
፵፪ ወንሕነሰ ንስእል እምቅድሳቲክሙ ወትሩፋተ እጎውናክሙ ከመ ትናዝዙነ እምዛቲ ምንዳቤ ዘሀለውነ ባቲ ንሕነ ወእመ አኮ ትጽሐፉ ለነ መልእክተ ከመ ይጎዳእ ቦቱ አልባቢነ ወሶበ ንሬኢ መልእክተክሙ ንሔሊ ከመ ንሕነ ንሬኢ ገጻቲክሙ ክብርተ ወተአማጎናክሙ በአምኃ መንፈሳዊት ይኤምኑክሙ ኮሎሙ ኤጲስ ቆጶሳት	42 ንሕና ውን በቲ ዝበጽሓና ዘሎ መከራ ኀዘንተጸናንዑና፡ እዚ እንተዘይኮኑ ድማ ልብና ምእንቲ ክጸናናዕ መልእኽቲ ንክትጽሕፉልና በቲ ቅዱስ ሰብነትኩምን ፍጹም ጎውነትኩም ንልምን ኣሎና። መልእክቶኹም እንተረኣና ክቡር ገጽኩም ከምዝረኣና ኢና እንቈጽሮ። ብመንፈሳዊ ሰላምታ ኢድ ንነሥእ ኣሎና። ኮሎም እቶም ዓበይቲ ኤጲስቆጶሳት ነፍስ ወከፎም በብስሞም ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ፡

ዘዮሐንስ ም፡ ፲፪ ፡ ዘዮሐንስ ም፡፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 102 ፡ ዘዮሐንስ ም፡ 103
ጌራን ለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ በበአስማቲሆሙ ወኮሎሙ አርዳኢክሙ እለ አሥመሩክሙ።	ኮሎም ዘገልግልኩም ደቀ መዛሙርትኩም ውን ሰላም ይብሉ ኣለዉ።
፶፫ ወፈድፋደሰ ብሩህ ልብ ጠቢብ ማር መቃራ ጸሓፊ ወአነ ሰርግዮስ ጳጳስ ዘአውፋምያ ወያዕቆብ ጳጳስ ዘሰምኑዲ ወዮሐንስ ኤጲስ ቆጶስ ዘረብጦ ወቈስጠ ንጢኖስ ኤጲስ ቆጶስ ዘአርማኒቅያ ወኮሎሙ አርዳኢነ ዳዊት ወዘካርያስ መሃይማናንሂ እለ እምዚአነ ዘህለዉ በሀገረ ንጉሥ ይኤምኑክሙ ኮሎሙ ወያስተበቍዑክሙ በእግዚአብሔር ከመ ታማኅጽንዎሙ ኀቤሁ ሥረዩ ለነ ወዝክሩነ በጸሎትክሙ ውክፍት።	43 ብዝያዳ ድማ እቲ ልቡናኡ ዝራቐቐ ፈላጥ ተፈታዊ ጸሓፊ መቃራ ሰላም ይብለኩም፡ ኣነ ናይ ኣውፋምያ ጳጳስ ሰርግዮስ ውን ሰላም እብለኩም ኣሎኹ። ናይ ስምኡዲ ጳጳስ ያዕቆብ፡ ናይ ረብጦ ኤጲስቆጶስ ዮሓንስ፡ ናይ ኣርሚኒቅያ ኤጲስቆጶስ ቈስጠንጢኖስ ከምኡ ውን ኮሎም ደቀ መዛሙርትና ዳዊትን ዘካርያስን፡ ኣብ ኩተማ ንጉሥ ዘለው ካባና ወገን ዝኾኑ ኮሎም ምእመናን ውን ሰላም ይብልኹም። ብስም እግዚኣብሔር ናብኡ ብሓደራ ከተማዕቅብዎም ይምጎፀኽኩም። ይቕረ በሉልና፡ በታ ፍትውቲ ጸሎትኩም ውን ዘክሩና።
፶፬ ወተጽሕፈት ዛቲ መጽሐፍ በዕለተ ሠሉስ አመ ፭ሁ ለወርኃ ነሐሴ በ፲፬ወ ፪፬ወ፼ እምዓመተ እስክንድር መቄዶናዊ ጸሐፍኩ ዘንተ መጽሐፈ አነ ነዳይ ወኃጥእ በእዴየ ድንስት ወርስሐት በእንተ ተከፍሎተ ሕሊናየ።	44 እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ዕለት 20 ወርኂ ነሓሰ 1280 ዓመት ካብ መቄዶናዊ እስክንድር ዝነገሡ ተጻሕፈት። ኃጥእን ነዳይን ዝኾንኩ፡ ኣነ ልበይ ስለዝኃዘነ በታ ፈጺማ ርስሒቲ ኢደይ ነዚ መጽሓፍ እዚ ጸሓፍኩ ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፫ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 103 ክፍሊ 2**
፩ እመልእኩተ ሲኖዲቆን ዘአብ ንጹሕ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ጎበ አብ ንጹሕ አባ ሚናስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ወግብጽ ወምዕራብ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዕሩያን በህላዌ እንዘ ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ ሥልጣን ፫ቱ አካላት ሊሉያን በገጻት ዘበአማን።	1 ካብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ንጹሕ ኣቦ ኣባ ዮሓንስ፡ ናብቲ ናይ እስክንድር ያን ግብጺን ምዕራብን ሊቀ ጳጳሳት ዝኾነ ንጹሕ ኣቦ ኣባ ሚናስ ካብ ዝተላእከ መልእኽቲ፥ ብባህርይ ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት **ብአብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንኣምን። እዞም ሠለስተ ኣካላት ብመለኮት ብኃይሊ ብሥልጣን ሓደ ክኾኑ ከለዉ፡ ብገጻት ግና ፍሉያት እዮም ብሓቂ።
፪ አብኒ አብ ውእቱ ወወልድኒ ወልድ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስኒ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ተዋሕዶ በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ወከመዝ ዓዲ ዕሩያን ሥላሴ በህላዌ ወበመንግሥት ወስባሔ ወበፈጢረ	2 **አብ** ኸኣ **አብ** እዩ፡ ወልድ ውን ወልድ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ሓድነት ኣብ ሠለስትነት፡ ሠለስትነት ድማ ኣብ ሓድነት ዘሎ እዩ። ከምዚ ውን ሥላሴ፥ ብባህርይ ብመንግሥቲ ብምስጋና ዝኾሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ዝኾሉ በቲ ንኣምላኽ

ዘዮሐንስ ም፡፲፫	ዘዮሐንስ ም፡103
ኵሉ ፍጥረት ወበኵሉ ግብር ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ይትከፈሉ በአካላት ወይትዋሐዱ በመለኮት በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ፩ዱ መለኮት ውእቱ ዘሠለስቲሆሙ ወሠለስቲሆሙ ፩ዱ እሙንቱ በመለኮት።	ዝግባእ ሥራሕን ሓደ እዮም። ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ሓደ እዮም። ከምቲ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ፥ 'ናይ ሠለስቲኦም መለኮት ሓደ እዩ፥ ሠለስቲኦም ውን ብመለኮት ሓደ እዮም' ዝበሎ እዩ።
፫ ወበከመ ጽድቅ ወእምነት ንብል በእንተ መለኮት ከመ ፩ዱ ፩ዱ እምሥላሴ ውእቱ አምላክ ሶበ ያስተርኢ በዕሪና ፩ዱ ህላዌ መለኮት ወሠለስ ቲሆሙ ፩ዱ አምላክ እሙንቱ በተዋሕዶተ አሐቲ መንግሥት ወእም ትድምርተ አካላትሰ ዘተዐቅፈ ባቲ ሰባልዮስ ረሲዕ ወእምፍልጠተ መለኮት ዘአምጽአ አርዮስ ዕልው ላዕለ ቅድስት ሥላሴ ንርሕቅ ፈድፋደ ወንመይጥ ገጸነ።	3 ሓቀኛ ሃይማኖት ከም ምኻኑ መጠን፥ ብዛዕባ ኣምላኽነት ክንዛረብ ከሎና እቲ ሓደ ባህርየ መለኮት ብሓድነት ክግለጽ ከሎ፥ ነፍሲ ወከፍ ካብ ሠለስተ ኣካላት ኣምላኽ ከምዝኾነ ንዛረብ። ብሓድነት ሓንቲ መንግሥቲ ሠለስቲኦም ሓደ ኣምላኽ እዮም። ካብቲ ንሠለስትነት ዝዘንግዐ ሰባልዮስ ዝተሰናኸለሉ ካብ ንኣካላት ምትሕውዋስ(ሓደ ገጽ ካብ ምባል)፥ ከምኡ ውን ካብቲ ከሓዲ ኣርዮስ ኣብ ልዕሊ ቅድስት ሥላሴ ዝበሎ ካብ ንመለኮት ምኽፋል (ካብ ምብልላጽ) ፈጺምና ንርሕቕ፥ ገጽ ልብና ውን ኸኽውል።
፬ ወናሁ ይቤ ቴዎዶስዮስ በመጽሐፉ ዘደረሰ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ንሕነሰ ናእትት ቃለሙ ለዐላውያን እለ ይትአመኑ አማልክተ ብዙኃነ ወህላዌያት ፍሉጣተ በ፩ዱ እግዚአብሔር ዘኢይት ከፈል በህላዌ መለኮቱ ወናወግዝ ዓዲ እለ ይብሉ ፫ተ መለኮተ እንተ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወ፩ደ ገጽ ወይትአመኑ ከመ ሥላሴ ተሠገዉ በ፩ዱ አካል ወእሉ ምኑናን ወፍሉጣን እምኔነ ወእምትምህርተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	4 እንሆ ቴዎዶስዮስ ውን ኣብቲ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ፥ 'ንሕናስ ንዘረባ ናይቶም ብዙኃት ኣማልኽቲ ዝኣምኑ፥ ኣብቲ ብባህርየ መለኮቱ ዘይክፈል ሓደ እግዚኣብሔር ዝተፈላለዩ ባህርያት ዝዛረቡ መናፍቓን ንነቅፍ ኣሎና። ከምኡ ድማ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን መለኮት ሠለስተ እዩ፥ ሓደ ገጽ እዩ ንዝብሉ፥ ሠለስቲኦም ውን ሓደ ኣካል ኮይኖም ሥጋ ከምዝለበሱ ንዝኣምኑ ነውግዞም' በለ። እዚኣቶም ካባናን ካብ ትምህርቲ ናይታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ብሓንቲ ሃይማኖት ጸኒዓ እትነብር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ፈጺሞም ዝተፈልዩ እዮም።
፭ ንሕነሰ ንትአመን ከም እምነተ አበዊነ ቅዱሳን ከመ እግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘዕሩይ በህላዌ መለኮት ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወልድ ዋሕድ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ እምዘኮነ ብርሃን ዘእምብርሃን ፍጹም ዘይትማሰሎ ለአካለ አብ ወረደ እምሰማይ በደኃሪ መዋዕል በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ	5 ንሕናስ፥ 'ሓደ ኣካል ካብ ቅድስት ሥላሴ፥ ብባህርየ መለኮት ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾነ፥ ኵሉ ብናቱ ቃልነት ዝተፈጥረ፥ ካብቲ ዝተፈጥረ ፍጥረት ብዘይ ብእኡ ዝተፈጥረ ዘየልቦ፥ ካብ ፍጹም ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ንኣብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ወልድ ዋሕድ እግዚኣብሔር ቃል፥ ብዳጎራይ ዘመን ንኣና ንምድኃን ምእንታና ካብ ልዕልና ናብ ትሕትና ወሪዱ፥ ካብታ ኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት እመቤትና ድንግል

ዘዮሐንስ ም፡፲፫	ዘዮሐንስ ም፡103
ተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእም እግዝእትነ ማርያም እንተ በአማን ድንግል በኵሉ ጊዜ።	ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ፡ ከም እምነት ቅዱሳን አቦታትና ንአምን።
፮ ወነሥአ ሥጋ እምኔሃ ዘይትሜረየነ በህላዌ ወሕማም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወበዝንቱ ሥጋ ተዋሐደ እንበለ ቱስሕት ወዘእንበለ ፍልጠት ወእምድኅረ ተዋሕዶ ኢተፋለሰ መለኮት ወበዘኢይትዌለጥ ኮነ ዝንቱ ተዋሕዶ ከመ ይኩን ዝንቱ እምፀቱ ህላዌያት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ንሕነሰ ንብል ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ መሢሕ ዘተሠገወ ውተሰብአ ፍጹመ ወበከመ ፍጹም ውእቱ በመለኮቱ ዓዲመ ፍጹም ውእቱ በትስብእቱ።	6 እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ብባህርይን ብሕማምን ንኣና ዝመስል ሥጋ ካብኣ ወሰደ። ብዘይ ምፍላይን ብዘይ ምትሕውዋስን ነዚ ሥጋ'ዚ ተዋሓደ። ድኅሪ ተዋሕዶ መለኮት ኣይተለወጠን፡ እዚ ተዋሕዶ እዚ ውን ብዘይልወጥ ሥርዓት ጸንዐ። እዚ ተዋሕዶ'ዚ ካብ ክልተ ባህርያት እዚኣቶም ከኣ መለኮትን ትስብእትን ምእንቲ ኽፍጸም እዩ። ንሕናስ 'እቲ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ወልድ ሓደ ክርስቶስ እዩ፡ ፍጹም ኣምላኽ ከምዝኾነ ፍጹም ሰብ ውን እዩ' ንብል።
፯ ወንትአመን በከመ ትምህርተ አበው ሐዋርያት ርቱዐነ ሃይማኖት ወአጽድ ቆቶሙ ዘንተ ሥርዓተ ሃይማኖት ዘነበበ መንፈስ ቅዱስ በልሳናቲሆሙ ወፈድፋደሰ ንኩን እጉዛነ ወጽኑዓነ በትምህርተ ሰባልዮስ ዓቢይ አፈ በረከት ወአትናቴዎስ ብእሲ ሐዋርያዊ ማኅፈደ ሃይማኖት ወመዝገበ ልቡና ወጎርጎርዮስ ዘኑሲስ ወዮሐንስ አፈ ወርቅ ወቄርሎስ ጠቢብ እሉ መርሑ ወአጽደቁ ወአርትዑ ሃይማኖተ እንተ ይእቲ በእግዚእነ ክርስቶስ።	7 ከም ትምህርቲ ናይቶም ሃይማኖቶም ዝቐንዐ ኣቦታትና ሐዋርያት፡ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብኡም ኃዲሩ ዝተዛረቦ ነዚ ነገረ ሃይማኖት ከምዘረድኡ ንኣምን። ብዝያዳ ድማ ብትምህርቲ ናይ ኣፈ በረከት ዓቢይ ባስልዮስ፡ ንሐዋርያት ዝመሰለ ጽኑዐ ሃይማኖት ፍልጠቱ ሰፊሕ ብዓል ኣእምሮ ኣትናቴዎስ፡ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ፡ ዮሓንስ ኣፈወርቅን በሊሕ ፈላጥ ቄርሎስን ጸኒዕና ንንበር። ንሃይማኖት ኣጽኒያምን ኣቐኒያምን ኣረዲኡምን ዝመሃሩ እዚኣቶም እዮም። እዚኣ ኸኣ እታ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንኣምና እምነት እያ።
፰ ወኢወሀቡ ፍኖተ ለዕልወተ አርዮስ መስሐቲ በእንተ መለኮተ እግዚአብሔር ቃል ወኢገረሩ ለትምህርተ አቡሊናርዮስ ጎርቱም ወዳእሙ መሀሩ ወይቤሉ ከመ ውእቱ ፍጹም እምፀቱ መለኮት ወትስብእት ወዝንቱ ግብር ኮነ በመንክር ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወኢይትፈከር ወናሁ መነኑ ወአውደቁ ንባቦ ለንስጥሮስ ዐላዊ ዘስሕተ ወይቤ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ ገጻት ወ፪ቱ አካላት ወ፪ቱ እግዚእ ወ፪ቱ መሢሕ በእንተ ዝንቱ ናወግዝ መናፍቃነ ኵሎ እለ ይትአመኑ ከመዝ በእግዚአብሔር ቃል።	8 ነቲ ንኣምላኽነት እግዚአብሔር ቃል ዝኽሕድ ክሕደት ኣርዮስ ምኽንያት ኣይሃቡን። ንትምህርቲ ውርደተኛ ኣቡሊናርዮስ ውን ኣይተሳዕሩን። እኳ ደኣ ምስ ክልቲኦም ምስ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ዝኾነ ፍጹም እዩ፡ እዚ ሥራሕ'ዚ ውን ብዘይምርመርን ብዘይንገርን ዘደንቕ ተዋሕዶ ተገብረ ብምባል መሃሩ እምበር። እንሆ ንትምህርቲ ናይቲ ክልተ ባህርይ ክልተ ገጽ ክልተ ኣካል ክልተ ጐይታ ክልተ ክርስቶስ ኢሉ ዝኸሓደ ንስጥሮስ ወርዊሮም ደርበዩ። ስለዚ ድማ ንኵሎም እቶም ብእግዚአብሔር ቃል ከምዚ ኢሎም ዝኣምኑ መናፍቓን ነውግዞም።

ዘዮሐንስ ም፡፱፫	ዘዮሐንስ ም፡103
፱ ወዓዲ ንኄጽር ውስተ መጽሐፈ ቄርሎስ ጠቢብ ዘእሙር በመጽሐፈ ተዋሕዶ እስመ ውእቱ ሕግ ርቱዕ ለነ ምስለ ኮሎን መጻሕፍቲሁ ወዓዲ ንትዌከፍ መጽሐፈ ዘይኑን ንጉሥ ዘይነግር ተዋሕዶተ እግዚአብሔር ቃል ዘይከሥት ውስቴቱ አምልኮተ እግዚአ ብሔር በጽድቅ ወበርትዕ ወመጽሐፈ ጉባኤ ዘ፻ወ፴ አጺስ ቆጶሳት እንተ ዘኬልቄዶን ዘኤፌሶን ዘኮነ ምክንያተ ተጋብኦቶሙ በእንተ አውጣኪ ዕልው ዘይትማሰል ምስለ ሃይማኖተ ንስጥሮስ መስሐቲ ዘያበውእ አምልኮተ እንለ እመሕያው ወአማሰነ ሃይማኖተ ርትዕተ ኦርቶዶክሳዊተ ሐዋርያዊተ በብሂሎቱ ቦቱ ለክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት ወወሰከ ህላዌ ካልአ ወአብአ ላዕለ ቅድስት ሥላሴ አካለ ራብዐየ።	9 ከምኡ ውን ኣብቲ 'መጽሓፈ ተዋሕዶ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ቅዱስ ቄርሎስ መጽሓፍ ንምልከት ኢና። ከመይ ምስ ኮሎም መጻሕፍቲ ንኣና ቅኑዕ ሕጊ ሥርዓት እዩ። ከምኡ ውን ንተዋሕዶ እግዚኣብሔር ቃል ዝዛረብ ንኣምልኮተ እግዚኣብሔር ውን ብሓቅን ብዝግባእን ዘረድእ ናይ ንጉሥ ዘይኑን መጽሓፍ ንቕበል ኢና። ንመጽሓፈ ጉባኤ ናይቶም ምኽንያት ጉባኤኦም 'ኣምልኾ ዕሩቕ ብእሲ ዝመሃረ፣ ንክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ብምባሉ ኑቲ ቅኑዕ ሃይማኖት ዘጥፍኣ፣ ካልእ ባህርይ ወሲኹ ኣብ ሥላሴ ራብዓይ ኣካል ገሩ ዝመሃረ፣' ኑቲ ከሓዲ ንስጥሮስ ብሃይማኖት ዝመስሎ ስለ ከሓዲ ኣውጣኪ ዝኾነ ኣብ ዞባ ኤፌሶን ትርከብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ 130 ኤጲስቆጶሳት ውን ንቕበል ኢና።
፲ ወእሉ ኮሎሙ መናፍቃን መደልዋን ይትዌከፉ ስሕተቶ ለልዮን መስተቃርን ወሰመይዋ ሃይማኖተ ርትዕተ ዝኩ ዘረሰዮ ለክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያተ ወከፈሎ ለዘኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ክፍል ንሕነሰ ንትአመን ወንብል በእንተ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል እንበለ ውላጤ ወኢተፈልጦ ወኢሚጠት።	10 እዞም ኮሎም መናፍቓን ግቡዛት እዮም፣ ንክሕደት ናይቲ ተቓዋሚ ልዮን ተቐቢሎም ውን ‹ቅንዕቲ ሃይማኖት› በልዋ። እቲ ንክርስቶስ ክልተ ባህርይ ዝገበሮ፣ ኑቲ ዘይክፈል ናብ ክልተ ወገን ዝኸፈሎ ውን ልዮን እዩ። ንሕናስ ብዛዕ ባቲ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ፣ ብዘይ ምልዋጥን ብዘይምንዋጽን ብዘይምፍልላይን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እዩ ብምባል ንኣምን።
፲፩ እስመ ክርስቶስ ኃይሉ ውእቱ ለእግዚአብሔር አብ ወጥበቡ ዘቦቱ ኮሉ መዛግብተ ሃይማኖት ወአእምሮ እስመ ውእቱ ፈቀደ ይእዜ ይትመሰለነ ከመ ይፈጽም ሕጸጸነ ወያንሥአነ እምድቀትነ ዘወደቅነ ባቲ ወበጸሕነ ለሙስና ወኃጕል ወኢንትጎሠሥ ዘይትሌዐል እምሕሊና እንለ እመሕያዊ ወዳእሙ ንትአመን ትሥጉቶ ለእግዚ አብሔር ቃል እንበለ ዕቅፍት ወኢተወላውሎ ወኢንክሐድ ከመ ውእቱ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ቃል ዘተሠገወ በእንቲአነ።	11 ከመይ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር አብ ኃይሉ፣ ብዘሎ ኮሉ መዝገብ ሃይማኖትን ፍልጠትን ኣብኡ ዝርከብ ጥበቡ እዩ። ንሱ ኑቲ ጕድለትና ክመልእ፣ ካብቲ ወዲቕና ኣብ ጥፍኣት በጺሕና ዝነበርናላ ፍርዲ ንከድኅንና ንኣና ኽመስል ፈተወ። እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ብዘይ ምውልዋልን ብዘይ ምጥርጣርን ንእመን እምበር ኑቲ ልዕሊ ሰብኣዊ ሓሳብ ዝኾነ ኣይንመርምር። ምእንታና ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ኣይንክሓድ።

ዘዮሐንስ ም፡፲፫	ዘዮሐንስ ም፡103
፲፪ ወዓዲ ኢንትዌከፍ ንባቦ ለዮልያኖስ ፈረሳዊ ዘይቤ ምትሐት ውእቱ ሥጋሁ ለክርስቶስ እስመ ውእቱ ይብል ከመ ዝንቱ ሥጋሁ ለክርስቶስ ኢፍጡር ወኢግቡር ኢየሐምም ወኢይመውት ወዝንቱ ንባብ ይትማሰል ምስለ ንባቡ ለማኒ ረሲዕ ዘይቤ ምትሐት ውእቱ ሥጋሁ ለክርስቶስ እግዚእነ ወውእቱሰ እንዘ ያከብር ሥጋሁ ለእግዚእነ ክርስቶስ ያበጽሕ ኀበ ዕልወት ወካሕድ ሕማማቲሁ ለክርስቶስ ማሕየዊ ወዓዲ ይቤ እስመ ሥጋ ዘፍጡር እምእግዚ አብሔር እምድር ወእመሬት ወደየ ውስቴቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወለሊሁ በህላዌሁ ኢየሐምም ወኢይመውት።	12 ከምኡ ውን ንዘረባ ናይቲ 'ሥጋ ክርስቶስ ምትሓት እዩ' ዝበለ ፈረሳዊ ዮልያኖስ ኣይንቕበልን ኢና። ከመይ ንሱ እዚ ናይ ክርስቶስ ሥጋ ፍጡር ኣይኮነን፣ ዘይሓምም እዩ፣ ዘይመውትን እዩ በለ። እዚ 'ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምትሓት እዩ' ዝብል ዘረባ ምስ ዘረባ ናይ መናፍቕ ማኒ ሓደ እዩ። ንሱስ ንሥጋ ክርስቶስ ከኽብር ክብል ነታ እተድጎን ናይ ክርስቶስ ሕማም ብፍጹም ናብ ምኽሓድ ኣብጽሐ። ከምኡ ውን 'ሥጋ ብሥልጣን እግዚኣብሔር ከም ምድሪ ዝተፈጥረ እዩ፣ ካብ መሬት ፈጢሩ ውን ነባቢትን ለባዊትን ነፍሲ ኣጎደረሉ፣ ንሱ ኸኣ ብባህሪኡ ኣይሓምምን ኣይመውትን እዩ' በለ።
፲፫ ንሕነሰ ንብል እግዚኣብሔር ቃል ሐመ በሥጋሁ ወኢየሐምም በመለኮቱ እፎኑ ይደሉ ይሕምም በህላዌ መለኮቱ ወይጥዐም ሞተ ዝኩ ዘኢይቀርቦ ምንትኒ እሙስና ወጎጕል።	13 ንሕና ግና 'እግዚኣብሔር ቃል ብሥጋኡ ይሓምም፣ ብመለኮቱ ግና ሕማም ሞት የብሉን' ንብል። እቲ ሕማም ኮነ ሞት ምንም ዘይቀርቦ ንሱ፣ ብባህርየ መለኮቱ ከመይ ኢሉ ክሓምም ክመውት ይኽእል፣
፲፬ ወባሕቱ ኮሎሙ ሐዋርያት ወንጌላ ውያን ጎራን ወኮሎሙ መምህራነ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ሰበኩ ገሀደ ከመ ውእቱ ጸመ ወርጎበ ተከዘ ወተሀውከ በመንፈሱ ወደክመ በሐዊረ ፍኖት ወኖመ ወተዐገሠ ለተጸፍኦ ወለተወክፎ ምራቀ ርኩሳን ወእምዝ በጽሐ ለሞት ዲበ ዕፀ መስቀል በእንቲኣነ ወተረግዘ ገቦሁ በኮናት ወኢገብረ ኃጢኣተ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፉሁ።	14 እንተኾነ ግና ኮሎም ሓዋርያት፣ ዓበይቲ ወንጌላውያን፣ መምህራነ ምሥጢራተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኮሎም፥ 'ንሱ ጠመየ ጸምአ ብልቡ ኃዘነ ተከዘ መገዲ ብምኻድ ደኸመ ደቀሰ ብጽፍዒት ምውቃዕን ጥፍጣፍ ርኹሳን ኣይሁድ ምቕባልን ተሳገሠ፣ ብድጎር'ዚ ምእንታና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ንሞት በጽሐ፣ ጐድኑ ብኮናት ተወግኣ፣ ኃጢኣት ኣይገበረን፣ ኣብ ኣፉ ውን ሓሶት ኣይተረኽበን' ብምባል ገሊጾም መሃሩ።
፲፭ ወበእንተ ዝንቱ ተግህደ ቃለ ሐዋርያት ንጹሓን ወአበው መዋዕያን ዘይብሉ እስመ አምላክ ቃል ነሥአ ሎቱ ሥጋ እምዘርአ አብርሃም ወአስተርአየ እምሥርወ እሴይ በሥጋ ወኮነ ከማነ ውተሳተፈነ በሥጋ ወደም ወዝንቱ ኮነ እምንጽሕት ወጽሪት ወጎሪት ወቡርክት ወቅድስት ማርያም ድንግል በኮሉ ጊዜ ወነሥአ እምኔሃ	15 በዚ ድማ ትምህርቲ ናይቶም 'ኣምላኽ ቃል ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ወሰደ። ካብ ወገን እሴይ ውን ተወሊዱ ብሥጋ ተገልጸ። ከማና ውን ሰብ ኮነ። ብነፍስን ብሥጋን መሰለና' ብምባል ዝመሃሩ ንጹሓን ሓዋርያትን፣ ተኸራኺሮም ዝረትዑ ዕዉታት ሊቃውንትን ተጋህደ። እዚ ድማ ኮሉ ሳዕ ድንግል ካብ ዝኾነት መርገመ ሥጋ መርገመ ነፍስ ዘይብላ ካብ ክብርትን ምርጽትን ንጽሕትን ድንግል

ዘዮሐንስ ም፡፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 103
ሥጋ ዘይትዔረየነ በህላዌ ወሕማም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወተዋሐደ ቦቱ በ፩ዱ አካል።	ማርያም ኮነ። እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘላቶ፡ ብባህርይን ብሕማምን ንኣና ዝመስል ሥጋ ኸኣ ካብኣ ወሲዱ ሓደ ኣካል ብምኻን ንእኡ ተዋሓደ።
፲፮ ወዝንቱሰ ተዋሕዶ ቅዱስ ውእቱ ወገባሬ ሕይወት ወፈዋሴ ዱያን ወመንሥኤ ሙታን ውእቱ ወበእንተ ዝንቱ ኢይትመየጥ ትስብእት ለከዊነ መለኮት ወመለኮትሂ ለከዊነ ትስብእት ውእቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮቱ እስመ ውእቱ አምላክ አስተርአየ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወኢይደሉ ይሕምም በመለኮቱ ወባሕቱ ተሐሰበ ለዮቱ ሕማማተ ትስብእት ከመ ዘለዮቱ ውእቱ ተዐገሠ ለተሰቅሎ ወለተወክፎ ሕማማት በፈቃዱ እስከ በጽሐ ለሞት ከመ ያሕይዎሙ ለሕሙማን ወያንሥኦሙ ለእለ ሰከቡ ወበመለኮቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ ።	16 እዚ ተዋሕዶ'ዚ ጽኑዕ፡ ሕይወት ዝዕድል፡ ንዝሓመሙ ዘሕዊ ንዝሞቱ ውን ዘተንሥእ እዩ። እቲ ተዋሕዶ ጽኑዕ ስለዝኾነ ድማ ሥጋ ናብ መለኮት ምኻን፡ መለኮት ውን ናብ ሥጋ ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ንሱ ብመለኮቱ ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ። ንሱ ኣምላኽ ካባና ብዝወሰዶ ሥጋ ተገልጸ፡ ናይ ሥጋ ሕማም ገንዘቡ ከም ዝኾነ ተነግረሉ ደኣ እምበር ብመለኮቱ ሓመመ ክበሃል ኣይግባእን። ንዝሓመሙ ከሕዊ ንዝሞቱ ከተንሥእ፡ ክሳዕ ሞት በጺሑ ስቓለትን መከራ ምቕባልን ፈተወ። ብመለኮቱ ግና ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ።
፲፯ ወእምድኅረ ትንሣኤሁሰ ዘይደሉ ለእግዚአብሔር ኢየሐምም ወኢይመውት ወኢይትረከብ ላዕሌሁ ምንትኒ እምነ ሙስና ወበትንሣኤሁሰ አንሥአነ ለነ ለእለ ተረፍነ ወነበርነ ውስተ ጽልመት ወጽላሎተ ሞት ወእምድኅረ ትንሣኤሁሰ እምነ ምውታን ረሰያ ለሥጋሁ ከመ ኢትሕምም እስመ ለሊሁ እግዚእነ ወመድኃኒነ ወጠነ በዝንቱ ግብር ዘውእቱ አንሥኦተ ሥጋሁ እንበለ ሙስና ወኮነ በኵረ ትንሣኤ ለእለ ሰከቡ በከመ ተሰምየ በውስተ መጻሕፍት አምላካውያት። ቈላ ፩፡፲፰።	17 ድኅሪ'ቲ ንእግዚአብሔር ዝከኣሎ ትንሣኤኡስ ኣይሓምምን ኣይመውትን እዩ፡ ምልዋጥ ውን ኣብኡ ምንም የለን። ኣብ ሞትን መቓብርን ዘሎና ንኣና ውን ብትንሣኤኡ ኣተንሥኣና። ድኅሪ ካብ ሙታን ተፈልዩ ምትንሥኡ ውን ንሥጋኡ ከምዘይትሓምም ገበራ። ከመይ ንሱ ባዕሉ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ሥራሕ'ዚ ጀማሪ እዩ። እዚ ኸኣ ብዘይምልዋጥ ሥጋኡ ምትንሣእ እዩ። ነቶም ዝተቐብሩ ኵሎም ውን ቐዲሮ ትንሣኤ ከይኑ እዩ። ኣብቶም ነገረ ኣምላኽ ዝዛረቡ መጻሕፍቲ 'በኵሪ' ተባሂሉ ከም ዝተጸውዐ እዩ። ቈላ 1፡18።
፲፰ ኢበልዐ ወኢሰትየ እምድኅረ ትንሣኤሁ በእንተ መፍቅዳተ ሥጋ እስመ ሥጋ አምላክ ውእቱ ወኢይፈቅድ መብልዐ ወመስቴ ወባሕቱ ፈቀደ በዝንቱ ከመ ያርኢ ጽድቀ ትንሣኤሁ በሥጋ ዘሐመ ቦቱ በከመ ይቤ ብፁዕ ሐዋርያ ይዘራእ በኃሣር ወበድካም ወይትነሣእ በኃይል ወበስብሐት ።	18 ድኅሪ ትንሣኤኡ ስለ ሥጋዊ ፍቓድ ክብል ኣይበልዐን ኣይሰተየን። ምኽንያቱ ሥጋ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ መብልዕ ኮነ መስተ ውን ኣይደልን እዩ። ነገር ግና በዚ ዝበልዕ ዝሰቲ፡ መከራ ዝተቐበለሉ ሥጋ ከምዝተንሥአ ከረድእ ፈተወ። እቲ ብፁዕ ሓዋርያ ጳውሎስ፥ 'ደኺሙን ተዋሪዱን ይቕበር፡ ብኃይልን ጐይትነትን ድማ ይትንሥእ' ከምዝበለ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፱፫ ፡ ዘፊላታዎስ ም፡ ፱፬

፲፱ ወኢይፈቅድ ለግሙራ ጎበ ግብረ ሥጋ እጓለ እመሕያዊ ወባሕቱ በልዐ ወሰትየ እምድኅረ ትንሣኤሁ በእንተ አርዳኢሁ ቅዱሳን ወፈቀደ በዝንቱ ከመ ኢንኩን ሕጹጻነ በሃይማኖትነ ኢበዝ ዓለም ወኢበምጽአቱ ዳግመ ዘመፍርህ ጥቀ ዘቦቱ ይመጽእ ይኰንን ሕያዋነ ወሙታነ በርትዕ ወበጽድቅ ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ።

፳ ወዝንቱ ውእቱ እምነትነ በአኀጽሮ ዘተምህርናሁ እምትምህርተ አበዊነ ንጹሓን ሐዋርያት ወአበው ጻድቃን እለ አልቦሙ ነውር ወበዝንቱ ሃይማኖት ተጠመቅነ ወቦቱ ተሐፀነ ወልሕቅነ ወቦቱ ከመ መሠረተ ኰኵሕ ጽኑዕ ዘኢያንቀለቅል ተሐነፅነ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፱፬ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአብ አባ ፊላታዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ጎበ አባ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ለበውኩ ዘጸሐፍከ ሊተ አ እጐ ፍቁር ወክቡር እግዚአብሔር ያኑሳ መዋዕሊከ ወያፈድፍድ ጸጋከ ወያግርር ፀረከ ወይዕቀብከ በትንብልናሃ ለእግዝእትነ ድንግል ማርያም ወኮሎሙ ቅዱሳን። ፪ቆሮ ፭፡፳።

፪ ወናሁ አእመርኩ ስእለተ ዘሰአልከኒ ዘሐለየ ልብከ ያቅም እግዚአብሔር ወይሕፅኖ በኃጢት ዘውእቱ በእንተ ሞተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወሶበ ተፈልጠት ነፍስ እምነ ሥጋ ኢተፈልጠ መለኮት እምነ ሥጋ ወኢእምነ ነፍስ ዘተፈልጠት እምነ ሥጋ ወኢቆመ መለኮት ዘኀዱር በሥጋ ህየንተ ነፍስ እመሰ ኮነ ከመዝ እምኢጥዕመ ሞተ እስመ መለኮትሰ ዓቢይ ወክቡር ውእቱ ወኢይክል ላዕሌሁ ሞት ወለሊሁ

ዘዮሐንስ ም፡ ፱፫ ፡ ዘፊላታዎስ ም፡ 104

19 ሥራሕ ሰብኣት ፈጺሙ ኣየድልዮን እዩ፡ ንቅዱሳን ደቀ መዛሙርቱ ንከረድእ ግና ድኅሪ ትንሣኤኡ በልዐን ሰተየን ደኣ። በዚ ትንሣኤኡ ድማ ‘ኣብዚ ዓለም’ዚ ኮነ ኣብቲ ኣብ ሕያዋንን ምዉታንን ብዝግባእን ብሓቂን ክፈርድ ዝመጸሉ ኻኦኡ ከከም ግብሩ ዝኸፍለሉ ኣብ ኣዝዩ ዘፍርህ ዳግማይ ምጽኣቱ፥ ጕዱላት ሃይማኖት ኴይንና ከይንርከብ ፈተወ።’

20 ካብ ትምህርቲ ንጹሓን ኣቦታትና ሓዋርያትን ካብ ነውሪ ኮነ ነቐፋ ዘይብሉም ቅኑዓት ሊቃውንትን ዝተመ ሃርናዮ ሃይማኖትና ብሓፂሩ እዚ እዩ። በዚ ሃይማኖት’ዚ ተጠመቕና፡ ብእኡ ዓበናን ጐበዝናን፡ ዘይናወጽ ጽኑዕ መሠረት ብምኻኑ ኸኣ ብእኡ ጸናዕና።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 104 ክፍሊ 1

1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ፊላታዎስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዲዮናስዮስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥ ኦ ዝኸበርካን ዝተፈቐሻን ኃው! ነቲ ዝጸሓፍካለይ ኣስተውዓልክዎ። እግዚኣብሔር ዘመንካ የንውኃዮ፡ ሚመትካ ክብ የብሎ፡ ጸላእትኻ የድክም፡ ብኣማላድነት እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያምን ኵሎም ቅዱሳንን ይሓልኻ። 2ይ ቆሮ 5፡20።

2 እንሆ እቲ ዝሓተትካኒ ሕቶ ፈለጥክዎ። እግዚኣብሔር ሓሳብ ልብኻ ይፈጽም፡ ብሓጐስ ውን የጽንዓዮ። እዚ ድማ ብዛዕባ ሞት ጐይታና ኢየሱስ ዝሓተተካዮ እዩ። ነፍሲ ካብ ሥጋ ምስ ተፈልየት፡ መለኮት ካብ ሥጋን ነፍስን ኣይተፈልየን።ምስ ሥጋ ዝተዋሓደ መለኮት ውን ናብቲ ናይ ነፍስ ቦታ መተካእታ ኮይኑ ኣይኣተወን። ከምዚ እንተገበሽውን፡ ክርስቶስ ኣይምሞተን ነይሩ። ምኽንያቱ መለኮት ኃያልን ዘይድፈር እዩ፡ ሞት ውን ኣብ ልዕሊኡ ክሥልጥን ኣይክእልን እዩ። ንሱ ንሞት ዝሰዓረ እዩ።

ዘፊላታዎስ ም፡ ፱፬	ዘፊላታዎስ ም፡ 104
መዋዒ ሞት ውእቱ፡ ወባሕቱ፡ ጥዕመ ሞተ፡ በሥጋ፡ ዘነሥአ፡ እምእግዝእተ፡ ኵልነ፡ ማርያም፡ ድንግል፡ እንዘ፡ ይትዋሐድ፡ ምስሌሁ፡ መለኮት፡ ወኢተፈልጠ፡ እምኔሁ፡ ለግሙራ።	መለኮት፡ በቲ፡ ካብ፡ እመቤት፡ ኵልና፡ ድንግል፡ ማርያም፡ ዝወሰዶ፡ ሥጋ፡ ንእኡ፡ ተዋሒዱ፡ ሞተ፡ ደኣ፡ እምበር፡ ካብ፡ ሥጋ፡ ፈጺሙ፡ ኣይተፈልየን።
፫ ወይእዜኒ፡ ንበል፡ እግዚአብሔር፡ ፈጠረ፡ ሎቱ፡ ሥጋ፡ ውስተ፡ ከርሠ፡ ድንግል፡ ማርያም፡ ወነሥአ፡ ሎቱ፡ ሥጋ፡ ዘቦቱ፡ ነፍስ፡ ነባቢት፡ ወለባዊት፡ ወአምላክ፡ ቃል፡ ተዋሐደ፡ ምስሌሁ፡ እንበለ፡ ተፈልጦ፡ ወኢውላጤ፡ ወውእቱ፡ ፩ዱ፡ አካል፡ እም፫ቱ፡ አካላት፡ እለ፡ ፍሉጣት፡ ገጻት፡ ወእዙዛን፡ በጽምረተ፡ ፩ዱ፡ መለኮት፡ በከመ፡ ይቤ፡ ቅዱስ፡ ጎርጎርዮስ፡ ዘኑሲስ፡ በውስተ፡ ድርሳኑ፡ ዘደረሰ፡ በእንተ፡ ትስብእቱ፡ ለመድኀን፡ ቃል፡ እስመ፡ በጊዜ፡ ዘወረደ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ላዕለ፡ ድንግል፡ ኃደረ፡ ላዕሌሃ፡ ኃይል፡ አርያማዊ፡ ከመ፡ ያቅም፡ እምኔሃ፡ ብእሴ፡ ሐዲሰ፡ ዘተሰምየ፡ ብእሴ፡ ሐዲሰ፡ በተወልዶቱ፡ ልደት፡ ነኪር፡ ወአኮ፡ በከመ፡ ልማደ፡ ፅንሶን፡ ለአንስት፡ ወወሊዶቶን፡ እንዘ፡ ይትዋሐድ፡ ምስለ፡ እግዚአብሔር፡ በጊዜሁ። መዝ ፹፮(፹፯)፡፭። ኢሳ ፷፫፡፩። ኤፌ ፬፡፳፬። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፯። ግብ ሐዋ ፲፯፡፲፰።	3 'ሕጂ ውን እግዚኣብሔር ቃል ንክዋሓዶ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ፈጠረ። እትዛረብን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ወሰደ' ንበል። ኣምላኽ ቃል ብዘይምልዋጥን ብዘይምፍላይን ሥጋ ተዋሓደ። ንሱ ኸኣ እቲ ሓደ ኣካል ካብቶም ብገጽ ፍሉያት ብሓደ መለኮት ድማ ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት እዩ። ናይ ኑሲስ ኤጵስቆጶስ ጎርጎርዮስ መድኅን ቃል ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፥ 'መንፈስ ቅዱስ ኣብ ድንግል ኣብ ዝወረደሉ ጊዜ፡ ፍሉይ ልደት ብምውላድ ሓድሽ ኣምላኽ ዝተባህለ ሓዲሽ ሰብነት ካብኣ ንክወስድ ኣርያማዊ ኃይሊ ኣብኣ ኃደረ' ክብል ከምዝተዛረበ። ሥጋ ውን ምስ እግዚኣብሔር ኣብ ጊዜኡ ክዋሓድ ከሎ፥ ከም ልማድ ኣንስቲ ፅንስን ምውላድን ኣይኮነን። መዝ 87(86)፡5። ኢሳ 63፡1። ኤፌ 4፡24። 1ይ ቆሮ 15፡47። ግብ ሐዋ 17፡18።
፬ ወንለቡ፡ ይእዜ፡ ተዋሕዶተ፡ እግዚአብሔር፡ ቃል፡ ምስለ፡ ሥጋሁ፡ ዘነሥአ፡ ሎቱ፡ ወቦቱ፡ ሐመ፡ ወሞተ፡ እስመ፡ መለኮቱ፡ ኢሐማሚ፡ ወኢመዋቲ፡ ውእቱ፡ ወበጊዜ፡ ሕማሙኒ፡ ወሞቱ፡ ኢተፈልጠ፡ እምኔሁ፡ መለኮት፡ ለግሙራ፡ እስመ፡ ብሂልሰ፡ ከመ፡ እግዚአብሔር፡ ቃል፡ ሐመ፡ ወሞተ፡ በፍቃዱ፡ በእንቲአነ፡ ቃል፡ እሙን፡ ወጽዱቅ፡ ወርቱዕ፡ ውእቱ፡ እስመ፡ ሕማመሰ፡ ወመዊተ፡ ረሰየ፡ ለሥጋ፡ ባሕቲቱ፡ እንዘ፡ ኢይትፈለጥ፡ እምኔሁ፡ መለኮት።	4 ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሔር ቃል ምስቲ ክዋሓዶ ዝፈጠሮ ሥጋ ብምውሕሓዱ፥ መለኮት ዘይሓምምን ዘይመውትን እንከሎ ብሥጋ ምሕማሙን ሙማቱን ንፈልጥ። ኣብ ጊዜ ሕማሙን ሞቱን መለኮት ካብ ሥጋ ፈጺሙ ኣይተፈልየን። እግዚኣብሔር ቃል ብፍቓዱ ምእንታና ከምዝሓመመን ከምዝሞተን ምዝራብሲ እሙንን ርዱእን ቅኑዕን እዩ። ምኽንያቱ መለኮት ካብ ሥጋ ከይተፈልየ ሕማምን ሞትን ንሥጋኡ ገይሩ እዩ።
፭ ወባሕቱ፡ እስመ፡ ባህልሰ፡ ወንባብ፡ ከመ፡ መለኮት፡ ሐመ፡ ወሞተ፡ ንባብ፡ ሙሱን፡ ወዕልወት፡ ውእቱ፡ እስመ፡ ህላዌ፡ መለኮትሰ፡ ኢይትዌለጥ፡ ወኢይቀርቦ፡ ሕማም፡ ወሞት፡ ለግሙራ፡ ወባሕቱ፡ ሞተ፡ በሥጋ	5 ‹መለኮት፡ ሐመመ፡ ሞተ› ኢልካ፡ ምዝራብ፡ ግና፡ ዘይግባእ፡ ዘረባ፡ እዩ፥ ክሕደት፡ ውን፡ እዩ። ከመይ፡ ባህርየ፡ መለኮት፡ ኣይልወጥን፡ እዩ፥ ሕማምን፡ ሞትን፡ ውን፡ ፈጺሙ፡ ኣይረኽቦን፡ እዩ። ግና፡ ብሥጋኡ፡ ሞተ፥

ዘፊላታዎስ ም፥ ፻፬	ዘፊላታዎስ ም፥ 104
ወተፈልጠት ነፍሱ እምሥጋሁ ወአኮ እመለኮቱ ወመለኮቱሰ ኢተፈልጠ እምነፍሱ ወኢእምሥጋሁ ወባሕቱ ይትዋሐድ ምስለ ፪ሆሙ እለ እሙንቱ ነፍስ ወሥጋ እስመ ሥጋሰ እንዘ ሀሎ ስቁል ዲበ ዕፀ መስቀል ወበውስተ መቃብር ኢተፈልጠ መለኮት እምኔሁ ወነፍስኒ ሶቤሃ ወረደት ውስተ ሲኦል በተፈልጦታ እምነ ሥጋ ወመለኮትሰ ኢተፈልጠ እም፪ሆሙ። ፩ጴጥ ፫፥፲፱።	ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ደኣ ተፈልየት እምበር ካብ መለኮቱሲ ኣይተፈልየትን። መለኮት ግና ምስ ክልቲኦም ተዋሒዱ ኣሎ እም በር ካብ ነፍሱን ሥጋኡን ኣይተፈልየን። እዚኣቶም ኸኣ ነፍስን ሥጋን እዮም። ሥጋ ኣብ መስቀል ተሰቒሉን ኣብ መቓብር ከሎን መለኮት ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን። ነፍሲ ውን ካብ ሥጋ ምስ ተፈልየት ብኡ ንብኡ ናብ ሲኦል ወረደት። መለኮት ግና ካብ ክልቲኦም ኣይተፈልየን። 1ይ ጴጥ 3፥19
፮ ይቤ ማሪ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በመጽሐፉ ሞተ አማኑኤል በእንቲአነ ከመ ሞትነ ወሞትነሂ ዘውእቱ ተፈልጦተ ነፍስ እምሥጋ ወበእንተዝ ይቤ በሥልጣኑ ዘይደሉ ለመለኮቱ እሜጡ ነፍስየ ህየንተ አባግዕየ ቤዛ ወአልቦ ዘየሐይደንያ ወባሕቱ በፈቃድየ እሜጥዋ አነ ወዓዲ ይቤ ብውህ ሊተ አንብራ ወብውህ ሊተ እሚማ ወካዕበ ይቤ እንዘ ሀሎ መልዕልተ መስቀል አንሰ እሜጡ ነፍስየ ውስተ እዴከ ወዘንተ ብሂሎ መጠወ ነፍሶ። ዮሐ ፲፥፲፯-፲፱። ሉቃ ፳፫፥፵፩-፵፮።	6 ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ኣብ መጽሓፉ፥ 'ኣማኑኤል ምእንታና ከም ናትና ሞት ሞተ' በለ። ሞትና ድማ እዚ እዩ፥ ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ ምፍላይ እዩ። ስለዚ ድማ በቲ ንመለኮቱ ዝግባእ ብሥልጣኑ ‹በጃ ምእመናን ነፍሰይ ኣጎሊፈ ንሞት እህብ፥ ኣነ ባዕለይ ፈትየ እፈልያ እምበር ብግዲ ንነፍሰይ ካብ ሥጋይ ዝፈልያ የልቦን፥ ንነፍሰይ ካብ ሥጋይ ክፈልያን ኣዋሒደ ኩተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ' በለ። ኣብ መስቀል ከሎ ውን 'ነፍሰይ ናብ ኢድካ እህብ ኣለኹ' በለ። ነዚ ኢሉ ውን ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ፈለየ። ዮሓ 10፥17-19። ሉቃ 23፥45-47።
፯ ወካዕበ ይቤ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ እስመ እግዚእነ ክርስቶስ ወረደ ውስተ ሲኦል አኮ በሥጋሁ አላ በነፍሱ ወአጎዛ ለምድር ከመ ኢትትነጐል እምቅድመ ጊዜሃ ወከዐወ ደሞ ዲበ ምድር ከመ የዕቀባ ላቲ ወለእለ ውስቴታ ወለሥጋሰ ጎደኅ ስቁለ መልዕልተ መስቀል በእንተ ፍጥረታት ወነፍሱ ወረደት ውስተ ሲኦል ወአድኅነት ነፍሳተ እለ ሀለዋ ህየ ወዒወወት ሲኦለ ወሥጋሁኒ አንሥአ ሙታነ እለ ውስተ ምድር ወእንዘ ሀሎ ሥጋ እግዚእነ ስቁለ ዲበ ዕፀ መስቀል አሜሃ ተከሥቱ መቃብራት ወገሖዩ ዐቀብተ ሲኦል ወተዘርዉ ሶበ ነጸርዎ ለፈጣሪሆሙ ወሰበረ ኖኃተ ብርት	7 ከምኡ ውን ንሓዋርያት ዝመስል ኣትናቴዎስ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ሲኦል ወረደ። ምውራዱ ድማ ብነፍሲ እዩ እምበር ብሥጋ ኣይኮነን። ቅድሚ እቲ ትኃልፈሉ ጊዜ ንከይትኃልፍ ውን ንምድሪ ኣጽንዓ። ንእኣን ነቶም ኣብ ውሽጣ ዘለዉን ንከጽንዕ ድማ ደሙ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣፍሰሰ። ነቶም ፍጡራን ንክሕሉ ውን ንሥጋ ኣብ መስቀል ብስቓሉ ገደፎ። ነፍሱ ግና ናብ ሲኦል ወሪዳ ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ነፍሳት ኣድኃነት። ንሲኦል ውን ማረኸት። ሥጋኡ ድማ ነቶም ኣብ ምድሪ ተቐቢሮም ዝነበሩ ምዉታን ኣተንሥኣ። ሥጋ ጐይታና ውን ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከሎ፥ ሽዑ መቓብራት ተኸፍቱ። ሓለውቲ ሲኦል ንፈጣሪኦም ምስ ርኣዩ፥ ሃደሙን ፋሕ በሉን። ማዕዶ ሓዊን (ፍዳ)

ዘፊላታዎስ ም፡ ፱፬	ዘፊላታዎስ ም፡ 104
ወቀጥቀጠ መናሥግተ ዘሐዚን ወአዕ ረጎሙ ምስሌሁ ጎበ አቡሁ ። መዝ ፱፯(፱፮)፡፲፬-፲፮።	ሰበረ፡ መሸጎር ሓዚን ውን ሰባበረ። ንነፍሳት ጒዙ ከኣ ናብ ኣቦኡ ኣውዕኦም።' በለ። መዝ 107(106)፡14-16።
፷ ወካዕበ ይቤ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ ውስተ መጽሐፉ ዘሰመዮ አርማስ እስመ ነፍሱ ለእግዚእነ ወረደት ውስተ ሲኦል ወሥጋሁሰ ኃደረ ውስተ መቃብር ፫ተ መዓልተ ወ፫ተ ሌሊተ እስመ ነፍስ ፈጸመት ምሥጢረ በውስተ ሲኦል ወኢይክል እጒዞታ ወጴጥሮስኒ ሓዋርያ ይቤ ወረደት ነፍሱ ውስተ ሲኦል ከመ ታግዕዝ ነፍሳተ እለ ሙቅሕቶን ይነብራ ህየ ወኢክህለት ሲኦል ጒዞታ ለሊሁሰ መድኃኒነ ይብል ብውህ ሊተ አንብራ ለነፍስየ ወአንሥኣሂ ወካዕበ ይቤ አንሰ ኖላዊ ኄር ወእሜጡ ነፍስየ ህየንተ አባግዕየ ቤዛ። ዮሐ ፲፡፲፩-፲፭።	8 ከምኡ ኸኣ ናይ ቆጵሮስ ኤጲስቆጶስ ኤጲፋንዮስ ኣብቲ 'ኣርማስ' ዝሰመዮ መጽሓፉ፥ 'ናይ ጐይታና ነፍሲ ናብ ሲኦል ወረደት። ሥጋኡ ግና ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኣብ መቓብር ኃደረ። ነፍሲ ኑቲ ምሥጢር ናይ ነፍሳት ምውጻእ ኣብ ሲኦል ፈጸመት፡ ጒዙ ኸትርፋ ኣይከኣለን' በለ። ሓዋርያ ጴጥሮስ ውን፥ ' ነተን ተኣሚረን ዝነበራ ነፍሳት ንከተድኅን ነፍሱ ናብ ሲኦል ወረደት፡ ሲኦል ውን ንነፍሱ ጒዛ ከተትርፋ ኣይከኣለትን' በለ። ንሱ ባዕሉ መድኃኒና ውን፥ 'ንነፍሰይ ካብ ሥጋይ ክፈልያን ኣዋሒደ ከተንሥኣን ሥልጣን ኣሎኒ' ይብል። ከምኡ ውን 'ኣነ ሕያዋይ ጓሳ እየ፡ በኃ ምእመናን ውን ሰብነተይ ንሕማምን ሞትን ኣኀሊፉ ክህባ እየ' በለ። ዮሓ 10፡14-16።
፸ ወካዕበ ይቤ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በመልእክቱ ዘፈነዋ ጎበ አውፋንዮስ ዝንቱ ዘመጽአ እምድኅረ ሕግ ወሙሴ ተዐገሠ ለተሰቅሎ መድኃኒነ ማሕየዊ ዝንቱ በፈቃዱ ፈለጠ ነፍሶ እምሥጋሁ ዘይትዋሐድ ምስሌሁ በ፭ዱ አካል ቃል ፍጹም ወእንዘ ኢይትፈለጥ እምኔሁ መለኮት ለግሙራ አብጠለ ሙስና እምውስተ መቃብር በሥጋሁ እንዘ ይትዋሐድ ምስሌሃ መለኮት ነፍሱኒ ወረደት ውስተ ሲኦል ወመተረት ማእሠረ ለእለ ሀለዋ ውስተ ውእቶን መካናት ። ኤፌ ፬፡፲፩።	9 ከምኡ ውን ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ናብ ኣውፋንዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ 'ድኀሪ ኦሪትን ሙሴን ሰብ ዝኾነ ንሱ ክስቀል ፈተወ። ዘድኃነና መድኃኒና እዚ እዩ። ፍጹም ቃል ሓደ ኣካል ብምኻን ካብ ዝተዋሓዶ ሥጋ ነፍሱ ብፍቓዱ ፈለየ። መለኮት ፈጺሙ ካብኡ ከይተፈልየ፡ ብሥጋኡ ኣብ መቓብር ዘሎ ምፍራስን ምብስባስን ኣጥፍኡ። መለኮት ካብኣ ከይተ ፈልየ፡ ነፍሱ ናብ ሲኦል ወረደት፡ ነተን ኣብኡ ተኣሚረን ዝነበራ ነፍሳት ባርነት ኣጥፍኣለን' በለ። ኤፌ 2፡14።
፸፩ ወዓዲ ይቤ ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሕማማቲሁ ለክርስቶስ እስመ ሶበ ሐመ እግዚእነ ክርስቶስ በሥጋ ኢተፈልጠ መለኮት እምነፍስ ወሥጋ አላ ይትዋሐድ ምስለ ፪ሆሙ ወአብጠለ እዘዘ ሞት በሥጋ ዘሞተ ወአርኀወ ዓንቀጸ ገኑት ለፈያታዊ ዘየማን ዘተዐጽወ በእንተ ዓሊዎቱ ለአቡነ አዳም። ሉቃ ፳፫፡፵-፵፬።	10 ከምኡ ኸኣ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ ናይ ክርስቶስ ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፥ 'ጐይታና ክርስቶስ መከራ ኣብ ዝተቐበለሉ ጊዜ፥ መለኮት ምስ ክልቲኦም ተዋሒዱ ነበረ እምበር ካብ ነፍስን ሥጋን ኣይተፈልየን። ብሥጋ ዝሞተ ንሱ ሥልጣን ሞት ኣጥፍኡ። ብምኽንያት ምፍራስ ትእዛዝ ኣቦና ኣዳም ተዓፅዩ ዝነበረ ኣፍ ደገ ገነት ኑቲ ብየማን ዝተሰ ቐለ ሽፍታ ከፈተ' በለ። ሉቃ 23፡40-44።

ዘፊላታዎስ ም፡ ፪፬

፲፭ ዘንተ ጸሐፍኩ ለከ ኦ እኅው ፍቁር ወክቡር በዘአለበወኒ እግዚአብሔር በብርሃነ ጽድቁ ወበዘተምህርክዋ እምአበው ትሩፋን በእንተ ዘተስእልከኒ ወለእሉሰ እለ አምጽኡ ለነ መጽሐፈ መልእክትከ ዘተፈነወት እምቅድሳቲከ ተቀበልናሆሙ በኃሤት ብዙኅ ወበልብ ፍሡሕ አምጣነ ንዴትነ ዘውእቶሙ ቴዎፍሎስ ጠቢብ ጳጳስ ዘደማስቆ መምህር ወመተርጉም ወባስልዮስ ጳድቅ ዘይትማሰሎ በገድል ለባስልዮስ ጳጳስ ዘጤቤርያ መምህር ኦርቶዶክሳዊ ወአኃዊነ እለ ሱቱፋን ምስሌነ በውስተ መልእክት መንፈሳዊት።

፲፮ ወሶበ በጽሑ ኀቤነ እሉ እለ ሕሩፃን በጥበብ ወበምግባር ተፈሣሕነ ቦሙ ጥቀ ዘከመ ርኢነ ገጽከ ወረከብናሆሙ ንሕነ ዘበአማን ድልዋን ለክህነት ወበእንተ ዘኮኑ ላእካነ ዕርቅ ማእከሌነ ይዕሥዮሙ እግዚአብሔር ዕሤተ በሠናይ ወከማሁ ለዮሐንስኒ ረድእከ ቀሲስ ጳድቅ ተጋዳሊ ትሩፍ ወለሰሎሞን ዲያቆን ቡሩክ ለእሉ ኵሎሙ ተአማኅናሆሙ በፍሥሓ ወበኃሤት ወበጻሕቅ እስመ እሙንቱ ተፈልጡ እምቅድሳቲከ ወመጽኡ ኀቤነ ተአዚዞሙ በጻሕቅ ለአብናከ።

፲፰ ወንሕነኒ ሰበክነ ስመከ ልዕልተ ወክብርተ ውስተ ኵሎን አብያተ ክርስቲያናት ወውስተ ኵሎን አህጉር ወበሐውርት ወአዘዝነ ይዝክሩከ በኵሉ ቅዳሴያት ወእግዚአብሔር ልዑል ያጽንዕ ስመከ ወስብሐት ለአምላክነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወንፌኑ ሰላመ ለኵሎሙ እለ ሀለዉ ታሕተ ሥልጣንከ ወእለ ይገርሩ ለመንበርከ።

፲፱ ኦ ብፁዕ እምነ ጳጳሳት ጻድቃን ወኤጲስ ቆጶሳት ጎራን ወካህናት ክቡራን ወመነኰሳት ንጹሐን ወሕዝብ ምእመናን ወመርዔት እንተ እግዚእነ ክርስቶስ ይኤምኑከ አርዳኢከ ገብርኤል

ዘፊላታዎስ ም፡ 104

11 ዝኽበርካን ዝተፈቶካን ኃው፡ ብዛዕባቲ ዝሓተተካኒ፡ ብብዙኅ ለውሃቱ እግዚአብሔር ከምዝገለጸለይ፡ ካብቶም ፍጹማን አቦታት ውን ከምዝተመሃርክዎ ነዚ ጸሓፍኩልካ። ነቶም ካብ ቅዱስ ሰብነትካ ዝተላእከት መጽሓፈ መልእኽትኻ ዘምጽኡልና ድማ ከም መጠን ድኽነትና ብሕጉስ ልብን ብብሩህ ገጽን ተቐበል ናዮም። ንሳቶም ከኣ እቲ እናተርጐመ ዝምህር ፈላጥ ናይ ደማስቆ ጳጳስ ቴዎፍሎስን፡ ነቲ ኦርቶዶክሳዊ መምህር ናይ ጤቤርያ ጳጳስ ዓቢይ ባስልዮስ ብገድሊ ዝመስሎ ጻድቕ ባስልዮስን፡ ከምኡ ውን ብመንፈሳዊት ኣገልግሎት ምሳና ዝኃብሩ ኣኀዋትና እዮም።

12 እዞም ብሃይማኖትን ምግባርን ዝተሓንፁ ኣባና ምስ በጽሑ፡ ገጽካ ከምዝረኣና ኼንና ብምምጽኡም እምብዛ ተሓጐስና። ንሕና ውን ብሓቂ ብክህነት ብቐዓት ኮይኖም ረኸብናዮም። ኣብ መንጎና ውን ልኡኻት ዕርቂ ስለዝኾኑ፡ እግዚአብሔር ዓስቦም ብጽቡቕ ይኽፈሎም። ከምኡ ውን ፍጹም ተጋዳሊ ዓቢይ ቀሲስ ረድእኻ ዮሓንስን፡ ቡሩኽ ዲያቆን ሰሎሞንን፡ ነዚኣቶም ኵሎም ተሓጒስና ተጊህና ተቐበልናዮም። ከመይ ንሳቶም ንኣቦነትካ ብትግሃት ተኣዚዞም ካብ ቅዱስነትካ ተፈልዮም ናባና መጺኦም እዮም።

13 ንሕና ውን ኣብ ኵለን ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ኣብ ኵሉ ከተማ ኾነ ገጠር ነታ ክብርትን ልዕልትን ስምካ ነገርና። ኣብ ጸለሎተ ቅዳሴ ውን ንክጽውዑኻ (ክዝክሩኻ) ኣዚዝና ኣለና። ልዑል እግዚአብሔር ስምካ የጽንዕ። ንፈጣሪና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስጋና ይብጽሓዮ። ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣንካ ዘለዉን ንሚመትካ ዝእዘዙን ኵሎም ሰላምታ ነቕርብ ኣለና።

14 ኦ ብፁዕ! ካብ ጻድቃን ጳጳሳትን ዓበይቲ ኤጲስቆጶሳትን፡ ክቡራን ካህናትን ንጹሓን መንኮሳትን፡ ምእመናን ሕዝብን ማኅበር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ከምኡ ውን እቶም ኣኀዋትካ ደቀ መዛሙርትኻ ገብርኤል፡ ኢያሱ፡ ማርቆስን ሰላም ይብሉኻ።

ዘፊላታዎስ ም፡ ፱፬	ዘፊላታዎስ ም፡ 104
ወኢያሱ ወማርቆስ ወለኵሎሙ ሕዝብ እለ ይትለአኩከ ይዕቀቦሙ እግዚ አብሔር በዳኅና ወበሰላም አሜን።	ኀኵሎም እዞም ዘገልግሉኻ ሕዝቢ፡ እግዚአብሔር ብደኃነ ሰላም ብሕይወት ይሓልዎም፡ አሜን።
፲፭ ወያቀርቡ ሰላመ ዘምስለ ሰጊድ ለቅድሳቲከ ኤጲስ ቆጶሳት እለ በጽሑ በሰሚዐ መልእክትከ ለለ፩ዱ ፩ዱ በበአስማቲሆሙ ወፈድፋደሰ አባ ሳዊሮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘእስሙናይን ወአባ ማርቆስ ኤጲስ ቆጶስ ዘብሕንሳ ጸሐፌ ወኵሎሙ ቀሳውስት ወዲያቆናት ወመነኰሳት ወመኳንንት መፍቀርያነ እግዚአብሔር ወሕዝብ ምእመናን እለ ሀለዉ ታሕተ መንበረ ማርቆስ ወንጌላዊ ወአበውሂ መነኰሳት ዘደብርከ እለ ሀለዉ ኀቤነ ይኤምኑከ አኀው መነኰሳት እለ እምታሕቴሆሙ ወንሕነሰ ድልዋን ለርእዮቶሙ በሠናይ በከመ አዘዝከ ።	15 ኵሎም እዞም መልእኽትኻ ንምስማዕ ዝተኣከቡ ኣቦታትና ኤጲስቆጶሳት ነፍስ ወከፎም በስሞም ንቅዱስነትካ ሰላምታ የቕርቡ ኣለዉ። ብዝያዳ ድማ ናይ እስሙናይን ኤጲስቆጶስ ኣባ ሳዊሮስ፡ ናይ ብሕንሳ ኤጲስቆጶስ ጸሓፌ ኣባ ማርቆስ፡ ኵሎም ቀሳውስትን ዲያቆናትን መነኮሳትን ንእግዚአብሔር ዝፈትዉ መኳንንትን፡ ኣብ ሥር መንበረ ወንጌላዊ ማርቆስ ዘለዉ ምእመናን ሕዝብን፡ ካብ ክፍለ ሃገርካ መጺኦም ምሳና ዝነብሩ ኣቦታት መነኮሳትን ኣብ ትሕቲኦም ዘለዉ ኣኀዋት መነኮሳት ሰላም ይብሉ ኣለዉ። ንሕና ውን ከም ዝኣዘዝካና ብፍቕሪ ክንሕልዎም ድልዋት ኣሎና።
፲፮ ይኤምኅ አእጋሪከ ንኡሰ ዘጸሐፈ ዘንተ መጽሐፈ መቃራ ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ መኑፍ ጸሐፍኩ ዘንተ መጽሐፈ በትእዛዘ አባ ፊላታዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ኀበ ብፁዕ ወቅዱስ ሊቀ ጳጳሳት አባ ዲዮናስዮስ ዘሀገረ እግዚአብሔር አንጾኪያ ።	16 ነዚ መጽሓፍ እዚ ዝጸሓፈ ናይ መኑፍ ኤጲስቆጶስ ንኡስ መቃራ ውን ሳእኽኻ ይስዕም ኣሎ። ብትእዛዝ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ፊላታዎስ ናብ ናይ ሃገረ እግዚአብሔር ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ናብ ቅዱስ ኣባ ዲዮናስዮስ ነዚ መጽሓፍ እዚ ጸሓፍኩ ።
፲፯ ወአስተብቍዕ ኀበ ሥሉስ ቅዱስ እለ ዕሩያን በመለኮት ዘናመልኮሙ ንሕነ ኦርቶዶክሳውያን ከመ ይዕቀብ ቅድሳቲከ ወይፈጽም ለከ ሀብታቲከ ከመ ትርዓይ ሕዝበከ በርትዕ ወበሰላም እስመ ጽኑዕ ውእቱ በእግዚአብሔር ፍቅርነ ወዕሩያን ንሕነ በተሳትፎ መልእክትነ ወጸሕቅነ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት።	17 ነዚ ቅዱስ ሰብነትካ ንክሕሉ፡ ከምኡ ውን ነቶም ሕዝብኻ ብዝግባእን ብፍቕርን ንክትሕሉ ሚመትካ ንክፍጽመልካ፥ ነቲ ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ብመለኮት ሓደ ብኣካል ሠለስተ ኢልና እነምልኾ ሥሉስ ቅዱስ እልምን ኣለኹኩ። ከመይ ፍቕርና ብእግዚአብሔር ጽኑዕ እዩ፡ ንሕና ውን በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ብምትጋህናን ብኣገልግሎትናን ሓደ ኢና።
፲፰ ወተጽሕፈት ዛቲ መጽሐፍ በወርኀ ሚያዝያ በ፳፻ወ፲፱ቱ እምትሥጉተ ክርስቶስ አምላክነ ወእምዓመተ ሰማዕ ታት ንጹሓን ፭፻ወ፫ቱ።	18 እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ወርኂ ሚያዝያ፡ ብ1979 ዓመት ድኅሪ ልደት ፈጣሪና ክርስቶስ፡ ከምኡ ውን 703 ዓመት ካብ ዘመነ ንጹሓን ሰማዕታት ተጻሕፈት።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘፊላታዎስ ም፡ ፻፩	ዘፊላታዎስ ም፡ 105
ምዕራፍ ፻፩ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 105 ክፍሊ 2**
፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአባ ፊላታዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘለእስክንድርያ ዘፈነዎ ኀበ አባ አትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ አውሥኦተ መልእክቱ ኀቤሁ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዕሩያን በመለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወአሐቲ መንግሥት ወአሐቲ ሥምረት ወአሐዱ ፈቃድ።	1 ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት አባ ፊላታዎስ፡ መልሲ ናይቲ ዝለኣኸሉ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት አባ ኣትናቴዎስ ካብ ዝለኣኸሉ መልእኽቲ፥ **ብአብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ** ንኣምን። ሠለስተ ኣካላት ብመለኮት ሓደ እዮም። ሓደ ባህርይ ሓደ መንግሥቲ ሓደ ሓሳብ ሓደ ፍቓድ እዮም።
፪ ሊሉያን እሙንቱ በአካላት ወበገጻት በከመ አስማቲሆሙ ወእንዛን በጽምረተ አሐቲ መለኮት በከመ መህረነ ቅዱስ ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት በመልእክቱ እንተ ፈነዎ ኀበ አንስጣስዮስ ወይቤ ከመዝ ነአምን በ፩ዱ እግዚእ ወበ፩ዱ አምላክ ወአሐቲ ምልክና ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ በተዋሕዶ ወተዋሕዶ በሥላሴ ፫ቱ አካላት ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ክብር ወ፩ዱ ስብሐት እስመ ተዋሕዶተ አምላክነ ይከውን በ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	2 ከምቲ ብስም ሠለስተ ዝኾኑ፡ ብኣካልን ብገጽን ሠለስተ እዮም። ብሓድነት ሓደ መለኮት ውን ሓደ እዮም። ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ናብ ኣንስጣስዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ ክብል ከምዝመሃረ፥ ብሓደ ጐይታ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን። ናይ **አብን** ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣገዛዝኣ ሓንቲ እያ። ሠለስተነት ኣብ ሓድነት፡ ሓድነት ኣብ ሠለስትነት ኣሎ። ሠለስተ ኣካላት ሓደ መለኮት ሓደ ክብሪ ሓደ ጐይትነት እዮም። ናይ ፈጣሪና ሓድነት ኣብ ሠለስተ ኣካላት ኣብ ሠለስተ ገጻት ጸኒዑ ይነብር። እዚኣቶም ኸኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።
፫ ምሥጢረ ሥላሴ ይትከፈል ወኢይትከፈል ይትከፈሉ በአካላት ወበገጻት ወኢይትከፈሉ በመለኮት በከመ መህሩነ አበው ንሰግድ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐተ ስግደተ ወከመዝ ውእቱ ፍጻሜ ጥምቀትነ ወእምነትነ እንተ በቅድስት ሥላሴ ወበከመ መህረነ መምህር ባስልዮስ በመጽሐፉ ዘፈነዎ ኀበ ቂሣርያ ሐዲስ እንዘ ይሜህር ወይብል እስመ ለሊሁ መድኃኒነ ወጠነ ወይቤ ለአርዳኢሁ ሑሩ ወመህሩ ኵሎ አሕዛበ ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	3 ምሥጢር ሠለስትነት ይፍለ እዩ ኣይፍለን ውን እዩ። ብኣካላትን ብገጻትን ይፍለዩ፡ ብመለኮት ግና ኣይፍለዩን እዮም። ከምቲ ኣቦታት ዝመሃሩና፥ **ንአብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ሓንቲ ስግደት ንሰግድ። ፍጻሜ ናይቲ 'ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢልና' ምእማንና፡ ናይቲ ብስም ሥላሴ ምጥማቕና ከምዚ እዩ። መምህር ባስልዮስ ናብ ሓዲስ ቂሣርያ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ 'ንሱ ባዕሉ መድኃኒና ንደቀ መዛሙርቱ ኬድኩም ንኵሎም ኣሕዛብ መሃሩ፡ ብስም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ከኣ ኣጥምቕዎም ብምባል ጀመረ' ክብል ከምዝመሃረና።
፬ ወአልቦቱ መፍቅድ ካልእ ለሕሊና እምድኅረ እሉ አስማት እንተ ተውህበት ለነ ወበእንተዝ ንብል እስመ ለለኵሉ ፩ዱ ፩ዱ እምነ ፫ቱ አካላት	4 ንኣና ካብ ዝተዋህበትና ካብዞም ኣስማት ወጻኢ ካልእ ንልቡና ዘድልዮ ነገር የልቦን። ስለዚ ኸኣ ሠለስተ ኣካላት ነፍስ ወከፎም በብናቶም ኣካል ፍሉያት

ዘፊላታዎስ ም፡ ፪፩	ዘፊላታዎስ ም፡ 105
ሊሉያን እሙንቱ፡ በበአካላቲሆሙ ዘውእቶሙ አካለ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወፍዱ ውእቱ፡ ህላዌሆሙ ወፍዱ መንግሥቶሙ ወፍዱ ፈቃዶሙ ወአሐቲ ሥምረቶሙ ለሠለስቲሆሙ እንበለ ተፈልጦ ዘበአማን እስመ አብ ህልው በወልድ ወበመንፈስ ቅዱስ ወወልድ ህልው በአብ ወበመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስ ህልው በአብ ወበወልድ።	ከምዝኾኑ ንዛረብ ኣሎና። ንሳቶም ከኣ ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣካላት እዮም። ግና ባህሪኦም ሓደ እዩ፡ መንግሥቶም ሓደ እዩ፡ ፍቓዶም ሓደ እዩ፡ ብፍጹም ብዘይ ምፍልላይ ናይ ሠለስቲኦም ሓሳብ ሓደ እዩ። ምኽንያቱ፡ **አብ** ኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣሎ፡ ወልድ ውን ኣብ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ኣሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብ **አብን** ወልድን ኣሎ።
፭ ወአትናቴዎስሂ ሐዋርያዊ በዓለ ነቅዐ ማየ ሕይወት ይብል በድርሳኑ በእንተ ሃይማኖት ንሕነሰ ነአምን ወንትአመን ከመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዕሩያን ምስለ አብ ወኮሉ ዘኢየአምን ወኢይትአመን ቦሙ ከመ እሙንቱ፡ ፍዱ መለኮቶሙ ወፍዱ ህላዌሆሙ ዘሠለስቲሆሙ ወፍዱ ቃሎሙ ወፍዱ ምግባሮሙ ውጉዘ ለይኩን አሜን።	5 ምንጪ ናይ ሕይወት ትምህርቲ ዝኾነ ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ውን ኣብቲ ብዛዕባ ነገረ ሃይማኖት ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ከምዚ ይብል፥ ንሕናስ፡ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስ **አብ** ማዕረ ከምዝኾኑ ንኣምንን ንተኣማመንን። ናይ ሠለስቲኦም መለኮቶም ሓደ፡ ባህሪኦም ሓደ፡ ዘረባኦም ሓደ፡ ሥራሖም ሓደ ከምዝኾነ፥ በዚኦም ዘይኣምንን ዘይእመንን ኮሉ ውጉዝ ይኹን፡ ኣሜን።
፮ ወዓዲ ንትአመን በወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኩሉ መዋዕል ብርሃን ዘእምብርሃን አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ አርአያ መልክዑ ወአካሉ ለአብ ወሶበ ፈቀደ ይምሐር ፍጥረቶ ወያድኅኖሙ እምነ መርገም ዘኃደረ ላዕሌሆሙ በእንተ ዕልወተ አቡሆሙ አዳም አጽነነ ሰማያተ ወወረደ እንዘ ኢየዐርቅ እመንበረ መለኮቱ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእምኔሃ ወእምኮሉ አባላ ለንጽሕት ወድንግልት።	6 ከምኡ ውን ቡቲ ቅድሚ ኹሉ ዘመን ካብ **አብ** ዝተወልደ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ ናይ **አብ** ናይ ኣካሉን መልክዑን መፈለጥታ ብዝኾነ ቀዳምን ሰዓብን ብዘይብሉ **ወልደ እግዚአብሔር** ንኣምን። ነቶም ፍጡራቱ ይኽረ ኢሉ፡ ካብቲ ብምኽንያት ምፍራስ ትእዛዝ ኣቦኣም ኣዳም ተፈሪድዎም ዝነበረ ፍዳ ንከድኅኖም ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፥ ነቲ ልዑል ባህሪኡ ኣትሒቱ ካብ ዝፋን ባህሪኡ ከይተፈልየ ወሪዱ፡ ኣብ ማኅፀን ድንግል ማርያም ኃደረ። ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኣ ካብ ንጽሕት ድንግል ካብ ፍጹም ኣካላ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ።
፯ ወረሰዮ ለሥጋ ይትዋሐድ ምስሌሁ በፍዱ አካል ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት በከመ ይቤ ክቡር አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ወለዝንቱሰ ሥጋ አምላክ ቃል ቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወተዐገሠ ለተፀንሶ ፱ተ አውርኀ ወወጽአ እምኔሃ	7 እቲ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ውን ሓደ ኣካል ብምኻን ምስኡ ከምዝዋሓድ ገበሮ። እቲ ክቡር ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ከምዝበሎ፥ 'ነቲ ኣምላኽ ቃል ዝተዋሓዶ ነዚ ሥጋዚ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ኣለዎ። ተፀኒሱ ንትሸዓተ

ዘፊላታዎስ ም፡ ፱፩	ዘፊላታዎስ ም፡ 105
ብእሲ ፍጹም ዘበአማን በ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ።	ወርኅን ሓሙሽተ መዓልትን አብ ማኅፀን ጸንሐ። ብሓቂ ሓደ አካልን ሓደ ገጽን ብምኻን ፍጹም ሰብ ካብኣ ተወልደ።
፰ በመንክር ግብር ዘኢይትነገር ወኢይት ሐተት ኮነ ዝንቱ ልደት ወኢይክል ልቡና እኁለ እመሕያው ያእምር ልደቶ ዘከመ እፎ ውእቱ ወባሕቱ አእምሮሰ ንኅድግ ሎቱ ለባሕቲቱ ወጠበወ ሐሊበ ወልህቀ በበሕቅ ከመ ሕፃናት ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወእምድኅረ ትስብእቱ ህልው ውእቱ በተዋሕዶተ ፩ዱ ህላዌ ወኢወሰከ በጕልቈ ሥላሴ ምንተኒ ፍድፋዴ ወተውሳከ።	8 እዚ ልደት'ዚ ብዘይምርመርን ብዘይንገርን ዘደንቕ ምሥጢር ተገብረ። ነቲ ምፍላጥ ንእኡ ጥራይ ንኅድጎ ደኣ እምበር ልደቱ ከመይ ከምዝኾነ ልቡና ሰብ ክፈልጦ ኣይክእልን እዩ። ከም ሕፃናት ጸባ ጠብዩ በብንእሽቶ ዓበየ። ብዘይ በይና ኃጢኣት፡ ብኵሉ ሥራሕ መሰለና። ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ፡ በቲ ዝተዋሓዶ ተዋሕዶ ጸኒዑ ነበረ። አብ ሠለስተ አካላት ናይ አካል ራብዓይ፡ ናይ ባህርይ ካልኣይ ኣይወሰኽን።
፱ ወውእቱ አምላክ ዘበአማን ዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ወይትዔረየነ ለነ በትስብእቱ ውእቱ ሰማያዊ ወውእቱ ምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ይትገሠሥ ወኢይትገሠሥ ቅሩብ ውእቱ ወውእቱ ርሑቅ ይትረከብ ወኢይትረከብ የሐምም ወኢየሐምም ወባሕቱ ሐመ በሥጋ ወኢሐማሚ በህላዌ መለኮቱ።	9 ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ብመለኮቱ ምስ **አብ** ሓደ እዩ። ሰብ ብምኻኑ ድማ ምሳና ሓደ እዩ። ንሱ ሰማያዊ እዩ፡ ምድራዊ ውን እዩ። ይርአ እዩ፡ ኣይርአን ከኣ እዩ። ይድኅሠሥ እዩ፡ ኣይድኅሠሥን ድማ እዩ። ንሱ ቀረባ እዩ፡ ርኁቕ ውን እዩ። ይምርመር እዩ፡ ኣይምርመርን ውን እዩ። ይሓምም እዩ፡ ኣይሓምምን ከኣ እዩ። ብሥጋ ሓመመ እምበር ብባህርየ መለኮቱ ሕማም የብሉን።
፲ ወእለሰ ይከፍልዎ ይፈስይዎ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ ገጻት ወ፪ቱ አካላተ ወ፪ቱ ምግባራተ አው ፪ቱ ፈቃዳተ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትሐተት ወዘኢይትረከብ ወይትአመኑ ከመ ጉባኤ አይሁዳዊ እለ ተጋብኡ በኬልቄዶን ወመጽሐፈ ዕልወት እንተ ልዮን መስሐቲ ወኢይትአመኑ ከመ እም፪ቱ ህላዌያት ውእቱ ወእም፪ቱ አካላት ኮነ ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ አካለ ወ፩ደ ወልደ ወ፩ደ መሢሐ ወ፩ደ እግዚአ ወ፩ደ ባሕርየ ወኵሉ ዘኢየአምን ከመዝ ውጉዘ ለይኩን።	10 እቶም ድኅሪ'ቲ ዘይምርመርን ዘይፍለጥን ተዋሕዶ፥ ዝኸፍልዎ ወይ ክልተ ባህርይ ወይ ክልተ ኣካል ወይ ክልተ ገጽ ወይ ክልተ ፍቓድ ዝገብርዎ ግና፥ ከምቶም ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ ወገናት ኣይሁድን፡ ቡቲ ኩሓዲ ልዮን ዝጸሓፍዎ መጽሓፈ ክሕደትን ዝኣምኑ፡ ከምኡ ውን ካብ ክልተ ባህርያትን ካብ ክልተ ኣካላትን፥ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ወልድ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ከምዝኾነ ዘየኣምኑ፥ ኵሉ እቲ ‘ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል’ ኢሉ ዘይኣምን ውጉዝ ይኹን።
፲፩ ንሕነሰ ክርስቶሳውያን ንብል እስመ ህላዌ መለኮት ኢተመይጠ ለከዊነ ትስብእት ወኢህላዌ ትስብእት ኢተመይጠ ለከዊነ መለኮት ወኢሀሎ	11 ንሕና ብክርስቶስ ዝኣመንና ግና፡- ባህርየ መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን ከም ዘይተለወጠ፡ ባህርየ ሥጋ ውን ናብ መለኮት ምኻን ከምዘይተለወጠ፡ ሥጋ ኸኣ

ዘፊላታዎስ ም፡ ፻፩	ዘፊላታዎስ ም፡ 105
ሥጋ እምቀዲሙ አላ ነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወተዋሐደ ምስሌሁ በመንክር ግብር ዘኢይትነገር ወኢይደሉ ይክፍልዎ ለተዋሕዶተ አማኑኤል አምላክነ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት አው ኀበ ፪ቱ አካላት ወ፪ቱ ገጻት ወኮሉ ዘይሔሊ ከመዝ ሕሊና እኪተ ወርኵስተ ወይትአመን በ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ ገጻት ወ፪ቱ አርአያ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ከመ መጽሐፈ ዕልወት እንተ ዘልዮን ሐሳዊ ተኵላ መሣጢ ውጉዘ ለይኩን።	ብቅድምና ከምዘይነበረ ንዛረብ ኣሎና። ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ወሲዱ ብዘይምርመር ግሩም ምሥጢር ምስኡ ተዋሓደ ደኣ እምበር። ነቲ ናይ ኣምላኽና ኣማኑኤል ተዋሕዶ፥ ናብ ክልተ ባህርያት ኮነ ናብ ክልተ ኣካላትን ናብ ክልተ ገጻትን ክኸፍልዎ ኣይግባእን። ከምዚ ኢሉ ፍጹም ክፉእ ሓሳብ ዝሓስብ፡ ከምኡ ውን ድኅሪቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ከምቲ መንጣሊ ተኵላ ከሓዲ ልዮን ዝጸሓፎ መጽሓፍ ‹ክልተ ባህርይ ክልተ ገጽ ክልተ መልክዕ› ኢሉ ዝኣምን ኮሉ ውጉዝ ይኹን።
፲፪ እስመ ዝኩሰ መሣጤ ነፍስ ወመስሐቲ ይብል በመጽሐፉ ርኵስት እስመ ህላዌ ሥጋሂ ይገብር ግብረ ሥጋ ወቃልሂ ይፈጽም ግብረ መለኮት በህላዌሁ ባሕቲቱ እምድኅረ ተዋሕዶ ወያበጽሕ ገቢረ ተአምራት ወመንክራት ወኃይላት ለቃል ባሕቲቱ ወለሥጋኒ ምግባራተ ምኑናተ ወትሑታተ ወይቄስክ ኀበ እግዚእነ ክርስቶስ መዓርገ መለኮት ወይሬስዮ ብእሴ ለባሴ መለኮት ለእለሰ ይትአመኑ ከመዝ ታወግዞሙ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወትሰድዶሙ። ማቴ ፬፡፳፬። ፳፡፳-፴፬። ማር ፪፡፲፮-፳፫። ፲፩፡፲፫።	12 እቲ ንነፍሲ ዝጐድእ ከሓዲ ልዮን በታ ርኽስቲ መጽሓፉ፥ ድኅሪ ተዋሕዶ ባህርየ ሥጋ ናይ ሥጋ ሥራሕ ከምዝሠርሕ፡ ቃል ውን ብባህሪኡ ጥራይ ናይ ኣምላኽነት ሥራሕ ከምዝሠርሕ ይዛረብ። ተኣምራት ምግባር፡ ግሩም ድንቂ ሥራሕ ምሥራሕ፡ ድውይ ምፍዋስን ምዉት ምትንሣእን ንቃል ጥራይ ሂቡ ይዛረብ። እቲ ትሑት ሥራሓት ማለት ምጥማይን ምጽማእን ግና ንሥጋ ሂቡ ይዛረብ። ከም ዘይነበሮ ኣምሲሉ ውን ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ኣምላኽነት መዓርግ ይውሰኽ። ጎድረት ጌሩ ድማ ‹መለኮት ዝኃደሮ ሰብ እዩ› ይብሎ። ነቶም ከምዚ ከም ልዮን ዝኣምኑ፡ እታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተውግ ዞምን ካብ ማኅበራ ትፈልዮምን እያ። ማቴ 4፡24, 8፡20-34, ማር 2፡16-23, 11፡13።
፲፫ ወንሕነኒ ንረግሞሙ ወንፈልጦሙ እምኔነ ወንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ነአምን ወንብል እስመ እግዚአብሔር ቃል ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ዘበአማን ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ወተወክፈ ሕማመ በፈቃዱ ወከማሁ ረኀበሂ ወጽምአ ወነዊመ ፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ።	13 ንሕና ውን ኣውጊዝና ካባና ንፈልዮም ኢና። ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ‹እግዚኣብሔር ቃል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ፍጹም ሰብ ኮነ፡ ብኵሉ ሥራሕ ውን መሰለና። ብፍቓዱ ውን መከራ ተቐበለ። ከምኡ ውን ብዘይካ ኃጢኣት ጥሜትን ጽምእን ምድቃስን ንኵሉ ናትና ሥራሕ ፈጸመ› ኢልና ንኣምን።
፲፬ ወእምዝ ሐመ በፈቃዱ በሕማመ ዚአነ ወሞተ በሞተ ዚአነ እሙነ ዘውእቱ ተፈልጦተ ነፍስ እምነ ሥጋ	14 ብድኅር'ዚ ብፍቓዱ ብሥጋኡ ናትና ሕማም ሓመመ። ብሓቂ ውን ናትና ሞት ሞተ። እዚ ኽኣ ናይ ነፍሲ ካብ ሥጋ

ዘፊላታዎስ ም፡፻፩ ፡ ዘአትናቴዎስ ም፡፻፲

ጥዕሞ ለሞት በፈቃዱ ባሕቲቱ ወተንሥአ እሙታን በሣልስት ዕለት በሥልጣነ መለኮቱ ወዐርገ በስብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አቡሁ ወውእቱ ይመጽእ በደኃሪት ዕለት ለኵንኖ ሕያዋን ወሙታን። ማቴ ፲፮፡፳፩-፳፰።

፲፩ ወዝንቱ ውእቱ እምነትነ ዘንሰብክ ቦቱ ገሃደ ውስተ ቤተ ክርስቲያን ጉባኤያዊት ወሐዋርያዊት ወንትዌከፍ ፲ተ ወ፪ተ ክፍለ እንተ ዘቅዱስ ወብፁዕ ቄርሎስ ወኮሎ ንባባተ አበው ርቱዓነ ሃይማኖት ወመጽሐፈ ተዋሕዶ እንተ ዘይኑን መፍቀሬ እግዚአብሔር ዘይከሥት ተዋሕዶቶሙ ለ፪ቱ መናብርት።

፲፪ ዘውእቶሙ መንበረ ጴጥሮስ ወማርቆስ ዘሠርዑ ለነ አበው ጎራን ቅዱሳን አትናቴዎስ እንተ ዘዚአክሙ ወአንስ ጣስዮስ እንተ ዘዚአነ እለ ኮኑ ዐራቅያነ ወሠርዑ ለነ ተዋሕዶተ ሃይማኖት ወሰላመ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ወይእዜኒ ንግድፍ እምኔነ ኵሎ ፍልጠተ እንተ ዘዐላውያን ወናርሕቅ እማእከሌነ ኵሎ ዘይክሕድ ሃይማኖተ ኦርቶዶክሳዊተ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፮ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ ክቡር አትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ጎበ ፊሎንጎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ አአምን ወእትአመን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ በተዋሕዶ ቅዱሳን ዕሩያን በመለኮት ወዕሩያን በስባሔ ወበገቢረ ኵሉ ግብር።

ዘፊላታዎስ ም፡፻፩ ፡ ዘአትናቴዎስ ም፡106

ምፍላይ እዩ። ብፍቅዱ ብዝተፈልየ ኣካሉ ንሞት ገንዘብ ገበረ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ብሥልጣኑ ካብ ምውታን ተፈልዩ ተንሥአ። ብክብሪ ድማ ናብ ሰማይ ዓረገ። ማዕረ ኣቦኡ ድማ ተቐመጠ። ኣብ ዳጎራይ ጊዜ ውን ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ኪመጽእ እዩ። ማቴ 16፡21-28።

15 ኣብታ ሓዋርያት ዝመሃርዋን ዝኣከብዋን ቤተ ክርስቲያን ገሊጽና እንምህሮ ሃይማኖትና እዚ እዩ። ነቶም ቅዱስ ቄርሎስ ዝተዛረቦም ዓሠርተ ክልተ ክፍሊ፡ ንኮሉ'ቲ ቅኑዕ ዝሃይማኖቶም ኣቦታት ዝበልዎ፡ ከምኡ ውን ነቲ መፍቀሬ እግዚኣብሔር ዘይኑን ዝጸሓፎ ናይ ክልተ መናብርት ሓድነት ዘረድእ መጽሓፉ ተዋሕዶ ንቕበል ኢና።

16 ንሳቶም ድማ ከምቲ እቶም ዓበይቲ ኣቦታት ናትኩም መምህር ኣትናቴዎስን ናትና መምህር ኣንስጣስዮስን ዝወሰንዎ፡ መንበረ ጴጥሮስን (ኣንጾኪያ) መንበረ ማርቆስን (እስክንድርያ) እዮም። እቶም ሓደ ዝገበሩናን፡ ብሃይማኖት ሓደ ምኻንን ፍቐሪ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ዝመሥረቱ ልናን እዚኣቶም እዮም። ሕጂ ውን ነቲ መናፍቓን ዘምጽእዎ ምፍልላይ ካባና ኣውጺእና ንደርብዮ። ነቲ ንኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ሃይማኖት ዝክሕድ ኵሉ ካብ ማእከልና ነርጎቕ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 106 ክፍሊ 1

1 ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ክቡር ኣቦና ኣትናቴዎስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ፊሎንጎስ ጽሒፉ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ ብኣብን ብወልድን ብመንፈስ ቅዱስን እኣምንን እተኣማመንን። ሥላሴ ብሓድነት ጽኑዓት እዮም። ብመለኮት ሓደ እዮም፡ ብኽብርን ኵሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ውን ሓደ እዮም።

ዘአትናቴዎስ ም፡ ፻፯	ዘአትናቴዎስ ም፡ 106
፪ ኢፍጡራን ወኢግቡራን ሀላውያነ ኮሉ ጥንት ወገባርያነ ኮሉ ፍጥረት ወሠራዕ ያኒሆሙ ወወህብያነ ህብታት ሠናያት ለኮሉ።	2 ዘይተፍጥሩ እዮም። ቅድሚ ኮሉ ጥንቲ ዝነበሩ እዮም። ኀኮሉ ፍጥረት ዝፈጠሩ እዮም። ወሲኖም ዘንብርዎም ውን እዮም። ንኮሉ ፍጥረት ውን ሠናይ ነገር ዝህቡ እዮም።
፫ ይትከፈሉ በአካላት ወይትጋብኡ በተዋሕዶተ መለኮት ወእሙንቱ መልዕልተ ኮሉ ጎልቁ ተዋሕዶ በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ተከፍሎ በተጋብኦ ወተጋብኦ በተከፍሎ ወበእንተ ዝንቱ ንብል ፩ዱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መንግሥት ወ፫ቱ አካላት ቅዱሳን ወ፫ቱ ገጻት ፍጹማን እንተ ዘቅድስት ሥላሴ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	3 ብኣካላት ሠለስተ እዮም፡ ብመለኮት ከኣ ሓደ እዮም። ካብ ምንታዌን ርባዔን ዝረሓቐ እዮም። ሓድነት ኣብ ሠለስትነት፡ ሠለስትነት ኣብ ሓድነት ኣሎ። ምፍላይ ኣብ ሓድነት፡ ሓድነት ኣብ ምፍላይ ኣሎ። ስለዚ ድማ ሓደ እግዚኣብሔር፡ ሓደ መለኮት፡ ሓደ ባህርይን ሓደ መንግሥትን ንብል። እቶም ቅዱሳን ኣካላት ሠለስተ እዮም። ናይ ሠለስቲኦም ኣካላት ገንዘብ ዝኾኑ ፍጹማን ገጻት ውን ሠለስተ እዮም። እዚኣም ድማ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።
፬ ወኢንፈሲ ቅድስተ ሥላሴ ፩ደ ገጸ ከመ ሰባልዮስ ረሲዕ ዘያስተጋብእ ቅድስተ ሥላሴ በ፩ዱ አካል እምአካላቲሆሙ ወዝንቱሰ ዕልው ቦ ጊዜ አመ ይሰሚ ቅድስተ ሥላሴ አበ ወቦ ጊዜ አመ ይሰሚ ወልደ ወቦ ጊዜ አመ ይሰሚ መንፈሰ ቅዱሰ ወኢይሁብ ዘይደልዎሙ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	4 ከምቲ ነቶም ሠለስተ ኣካላት ካብ ኣካልነቶም ኣውጺኡ ብሓደ ኣካል ዝወሰነን፡ ሠለስትነት ዝኸሓደን ሰባልዮስ፡ ‹ንሠለስተ ኣካላት ሓደ ገጽ› ኣይንበል። እዚ ከሓዲ፡ ንሠለስተ ኣካላት **አብ** ዝበለሉ፡ ወልድ ዝበለሉን መንፈስ ቅዱስ ዝበለሉን ጊዜ ኣሎ። ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ዝግብኦም ሂቡ ኣይዛረብን እዩ።
፭ ንሕነሰ ንብል እስመ አብሂ አብ ውእቱ በኮሉ አዝማን እስመ ውእቱ አብ ዘበአማን ቀዳማዊ እምቀዲሙ ወልድሂ ዓዲ ወልድ ውእቱ በኮሉ አዝማን ወውእቱ ወልድሂ ዘበአማን ቀዳማዊ እምቀዲሙ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ በኮሉ አዝማን ቀዳማዊ እምቀዲሙ እሉ ፫ቱ አካላት ወ፩ዱ መለኮት ዘሥሉስ ቅዱስ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	5 ንሕና ግና ንሱ **አብ** ብሓቂ ብቅድምና ዝነበረ እዩ እሞ **አብ**፡ ብኮሉ ዘመን **አብ** እዩ ንብል። ንሱ ወልድ ብሓቂ ብቅድምና ዝነበረ እዩሞ ወልድ ውን ኾሉ ዘመን ወልድ እዩ ንብል። ንሱ መንፈስ ቅዱስ ብሓቂ ብቅድምና ዝነበረ እዩሞ፡ መንፈስ ቅዱስ ኸኣ ኾሉ ዘመን መንፈስ ቅዱስ እዩ ንብል። እዞም ሠለስተ ኣካላትን ሓደ መለኮትን ገንዘብ ናይ ፍሉይ ሠለስተ ዝኾኑ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** እዮም።
፮ ወዓዲ ንርሐቅ እምንባበ አርዮስ ርኵስት ዝኩ ዘከፈሎሙ ለሥሉስ ቅዱስ ጎበ ፪ቱ ህላዌያት ወአምጽአ መዓርጋተ መለኮት ፍሉጣተ ወተከፍሎተ በ፩ዱ እግዚአብሔር ዘኢይትከፈል በህላዌ መለኮቱ ንሕነሰ ንትመየጥ ጎበ ሥነ	6 ከምኡ ውን ካብታ ርኽስቲ ክሕደት ኣርዮስ ውን ንርሓቕ። ንሥሉስ ቅዱስ ናብ ክልተ ባህርያት ዝኸፈሎም (ፍጡርን ፈጣሪን ዝገበሮም)፡ ኣብቲ ብባህርየ መለኮቱ ምኽፍፋል ዘይብሉ ኣብ ሓደ እግዚኣብሔር ምኽፍፋልን፡ ዝተፈላለዩ መዓርጋተ መለኮትን ዘምጽኡ ኣርዮስ እዩ።

ዘአትናቴዎስ ም፡ ፻፮	ዘአትናቴዎስ ም፡ 106
አምልኮ አምላካዊ ወንግድፍ እምኔነ እሎንተ ቃላተ ምኑናተ ዘውእቱ ሃይማኖት አይሁዳዊ ወክፍለተ መጠዐውያን ወዐላውያን ወንብል ፩ዱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መንግሥት ወ፩ዱ ሥልጣን ወ፩ዱ ሥምረት ወ፩ዱ ፈቃድ።	ንሕና ግና ናብቲ ንእግዚአብሔር እነገልግለሉ ሃይማኖትና ተመሊስና፡ ነዞም ጽሉኣት ነገራት ካባና ከነርሕቐ ኢና። እዚ ድማ ኣይሁዳዊ እምነት (ሓደ ገጽ ምባል)፡ ከምኡ ውን ጣየታውያንን መናፍቓንን እናኸፋፈሉ ዝኣምንዎ እምነት እዩ። ‘ሓደ እግዚአብሔር፡ ሓደ ባህርይ፡ ሓደ መንግሥቲ፡ ሓደ ሥልጣን፡ ሓደ ሥምረትን ሓደ ፍቓድን’ ንብል።
፯ ወከመዝ ውእቱ እምነትነ በቅድስት ሥላሴ ዘይሴብሑ እምነ ኮሉ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢንትአመን በካልእ አምላክ እምእሉ ፫ቱ አካላት እለ ፍሉጣን በገጻት ወኢሂ ፍሉጣን በህላዌ መለኮት በከመ ይቤ ዓቢይ መምህር ባስልዮስ በድርሳኑ በእንተ ሃይማኖት ዘቅድስት ሥላሴ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ህላዌ ዘኢተገብረ ወሥልጣን ከሀሊ ለፈጽሞ ኮሉ ፍጥረታት።	7 ብኮሉ ዝምስገኑ ብቅድስት ሥላሴ እንኣምኖ እምነት ከምዚ ዝብል እዩ። እዚኣቶም ድማ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ካብዞም ብገጽ ፍሉያት፡ ብባህርየ መለኮት ግና ዘይፈላለዩ ሰለስተ ኣካላት ወጻኢ ካልእ ኣምላኽ ኣይንኣምንን ኢና። ከምቲ እቲ ዓቢይ መምህር ባስልዮስ ብዛዕባ ብቅድስት ሥላሴ ምእማን ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ዝበሎ፥ እዞም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን**፥ ዘይተፈጥረ ባህርይን፡ ኮሉ ፍጥረት ንምፍጣርን ምጎላፍን ዝከኣሎ ሥልጣንን እዮም።
፰ ወሶበሂ ንቤ ፩ዱ እግዚአብሔር ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት አኮ ዘያበጥል እምኔነ ዝንቱ ተሰምዮተ ፫ቱ አካላት ወብሂለ ፫ቱሂ አካላት አኮ ዘይፈልጥ መለኮተ ላዕሌነ ፡ነበ ፫ቱ መለኮት እስመ ለለ፩ዱ ፩ዱ እም፫ቱ አካላት ህልዋን በበአካላቲሆሙ ወመለኮትሂ ህልው በህላዌሁ ወኢይትፈለጥ ለከዊነ ፫ቱ መለኮት እስመ ቅድስት ሥላሴ ፩ዱ እሙንቱ በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት ዘንተ ንቤ በእንተ ተዋሕዶተ አምላክ በአኀጽሮ ዘተምህርናሁ እምአበዊነ ቅዱሳን።	8 እቲ ሓደ እግዚአብሔር ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ ምባልና፡ እዚ ኑቲ ብኣካል ሰለስተ ምባል ዘፍርሦልና ኣይኮነን። ብኣካል ሰለስተ ምባል ውን ንመለኮት ናብ ሰለስተ ምኻን ዝኸፍሎ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ካብ ሰለስተ ኣካላት ነፍስ ወከፎም ውን በብኣካሎም ጸኒዖም ዝነብሩ እዮም። መለኮት ብሓድነቱ ጸኒዑ ዝነብር እዩ። ሰለስተ መለኮት ንምኻን ውን ኣይክፈልን እዩ። ቅድስቲ ሥላሴ ምፍላይ ብዘይብሉ ሓድነት ሓደ እዮም። ካብ ቅዱሳን ኣቦታትና ከም ዝተመሃርናዮ ብዛዕባ ሓድነት ፈጣሪና ኣሕዊርና ነዚ ተዛረብና።
፱ ወይደልወነ ዓዲ ንበል በእንተ ትሥጉቱ ወትስብእቱ ለእግዚእነ ክርስቶስ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል ዘእመለኮተ አብ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ ኮሉ መዋዕል እንበለ ተፈልጦ ተወልደ እምኔሁ ቅድመ	9 ከምኡ ውን ብዛዕባ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሰብ ምኻኑ ነገር ክንዛረብ ይግብኣና እዩ።ካብ ባህርይ **አብ** ዝተረኽበ፡ ቅድሚ ኮሉ ዘመን ብዘይ ተድኅሮን ብዘይ ተፈልጦን ምስኡ ዘሎ፡ ካብ ሰለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚአብሔር ቃል ዓለም ከይተፈጥረ ብቅድምና ካብ **አብ**

ዘአትናቴዎስ ም፡ ፻፯	ዘአትናቴዎስ ም፡ 106
እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወዕሩይ ምስሌሁ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ በቅድምና ወበፈጢረ ኵሉ ፍጥረት ወሶበ ፈቀደ ያድኅን ትዝምደ እጓለ እመሕያው ዘኮነ በጽሐ ለሙስና ፍጹም ወነጥአ ተስፋሁ ከመ ይሚጠ ኀበ ዘቀዳሚ አርአያሁ አጽነነ ርእሶ እምሉዐሌ ሰማያት ወወረደ ኀቤነ በደኃሪ መዋዕል እንዘ ኢየዐርቅ እመንበረ ስብሐቲሁ ።	አካል ዘእምካል ባህርይ ዘእምባህርይ ተወልደ። ብቅድምናን ንኵሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ሓደ እዩ። ነቲ ፈጺሙ ንሞትን ጥፍኣትን ተዋሂቡ፡ ተስፋ ስኢኑ ዝነበረ ዘርኢ ሰብ ንከድኅን ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፡ ናብቲ ናይ ቅድም ተፈጥሮኡ ንክመልሶ ርእሱ ኣትሒቱ፡ ካብ ዝፋን ጐይትነቱ ከይተኣልየ ኣብቲ ዳኅረዋይ ዘመን ካብ ሰማየ ሰማያት ናባና ወረደ።
፲ ወኢያምጽአ ምስሌሁ ሐራ መላእክት ወመዐርገ ሰማያውያን ከመ ይከልልዎ በከመ ይደሉ ለመለኮቱ በከመ አሰፍወ ከመ ውእቱ ይመጽእ በስብሐቲሁ ዳግመ ወባሕቱ በህድአት ከመ ጠል ውስተ ፀምር ኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ንጽሕት በኵሉ ጊዜ ወላዲተ እግዚአብሔር ዘበአማን ማርያም ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእምኔሃ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወተዐጽፈ በሥጋ ዘይትዔረየነ በህላዌ ወበሕማም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት። ዘዳግ ፴፪፡፪። መሳ ፮፡፴፯ ። ማቴ ፳፭፡፴፩ ።	10 ከምቲ ዳግማይ ብጐይትነቱ ከምዝመጽእ ዝተዛረቦ ንመለኮቱ ከምዝግባእ ንክኽብርዎ ሊቃነ መላእክትን ሠራዊተ መላእኽትን ኣኹቲሉ ምስኡ ኣየምጽአን። እኳ ደኣ ከምቲ ጠሊ ከይተሰምዐ ኣብ ጸምሪ ዝወርድ፡ ኣብ ማኅፀን እታ ኵሉ ሳዕ ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ብሓቂ ወላዲት ኣምላኽ ማርያም ማንም ከይፈለጠ ኀደረ። ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብኣ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ነቲ ብባህርይን ብሕማምን ዝመሰለና ነባቢት ለባዊት ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ተዋሓደ። ዘዳግ 32፡2። መሳ 6፡37። ማቴ 25፡31።
፲፩ በከመ ጽሑፍ እስመ ጥበብ ሐነፀት ላቲ ቤተ ወተዋሐደ በዝንቱ ሥጋ ተዋሕዶ ህላዌያዊ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢኮነ ለዉቱ ሥጋ እምቅድመ ተዋሕዶቱ ወትሥጉቱ ወባሕቱ ተዋሐደ በጊዜ አብሠራ ሊቀ መላእክት ወሐራ ሰማያውያን ገብርኤል ዘተአምነ ላዕለ ዝንቱ ምሥጢር ኀቡእ ወሥርዓት አምላካዊ ዘኢይትነገር አብሠራ ወይቤላ ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልዕተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ። ምሳ ፱፡፪። ሉቃ ፩፡፴፪።	11 'ጥበብ ንርእሳ ቤት ሠርሐት' ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፡ ብዘይ ምፍላይ ምስ'ዚ ሥጋ ናይ ኣካልን ባህርይን ተዋሕዶ ተዋሓደ። ቅድሚ ምውሓዱን ሰብ ምኻኑን ሥጋ ኣይነበሮን። ነቲ ዘይምርመር ሥራሕ ኣምላኽን ነዚ ረቂቕ ምሥጢር'ዚን ትበቅዕ ኢኻ ዝተባህለ ሊቀ መላእኽትን ሓለቓ ሰማያውያን ሠራዊትን ዝኾነ ቅዱስ ገብርኤል ኣብ ዘብሠራ ጊዜ ተዋሓደ ደኣ እምበር። 'ኦ ጸጋን ክብርን ዝተመላእኪ ሕጉስቲ ድንግል! እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍሽኺ ነፍሲ ወሲዱ ሰብ ክኸውን እዩ እሞ ተሓጕሲ' ክብል ኣብሠራ። ምሳ 9፡2። ሉቃ 1፡32።
፲፪ ወእምድኅረ ተፀንሰ ፈጸመ አሜሃ ሕገ ዘውእቱ ኀዲር ውስተ ከርሠ ፱ተ አውራኁ ወተሠገወ ወተሰብአ ፍጹመ ወወጽአ እምኔሃ በመንክር ግብር ዘኢይትነገር ወይትዐዶ እምሕሊና	12 ድኅሪ ምዕናሱ ውን ብኡ ንብኡ ሥርዓተ ዕንስ ፈጸመ። እዚ ድማ ትሸዓተ ወርኅን ኃሙሽተ መዓልትን ኣብ ማኅፀን ምግባር እዩ።ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ፍጹም ሰብ ኮነ። ብዘይምርመር፡ ልዕሊ ልቡና ሰብ ብዝኾነ

ዘአትናቴዎስ ም፡ ፻፮	ዘአትናቴዎስ ም፡ 106
እንለ እመሕያው እንዘ ኢይፈትሕ ማኅተመ ድንግልናሃ።	ግሩም ምሥጢር ማኅተመ ድንግልናኣ ከይለወጠ ካብኣ ተወልደ።
፲፫ ወለሊሁ አምላክ ወሰብእ ኅቡረ ወበእንተ ዝንቱ ኢይትመየጥ መለኮት ለከዊነ ትስብእት ወትስብእትሂ ለከዊነ መለኮት ወውእቱ መልዕልተ ኵሉ ሚጠት ወተውላጥ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ አልቦቱ ፍልጠት ለግሙራ ወጽኑዕ ውእቱ ተዋሕዶቱ ዘበአማን በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ቃል ዘተሠገወ በከመ መህሩነ አበው ለባስያነ እግዚአብሔር ።	13 ንሱ ውን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ድማ መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን፡ ሥጋ ኽኣ ናብ መለኮት ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ንሱ ካብ ኵሉ ምልዋጥ ኮነ ምልውዋጥ ዝረሓቐ እዩ። ድኅሪ ተዋሕዶ ፈጺሙ ምፍላይ የብሉን። እቲ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻኑ እቲ ሓቀኛ ተዋሕዶኡ ጽኑዕ እዩ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ኣቦታት ዝመሃሩና።
፲፬ እመሰ ንቤ ከመ ቦቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት ወክልኤቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ ንዌሰክ ራብዐየ አካለ ወንከውን ዐላውያነ ከመ እሉ እለ ይቤሉ ዘከመ ዝንቱ ንባብ ሙሱን ወእሙንቱሰ አብዳን ይሬስዩ ርእሶሙ ጠቢባነ በብሂሎቶሙ ከመዝ ወእሙንቱሰ ፍሉጣን እምኔነ ወእምትምህርተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	14 ድኅሪ ተዋሕዶ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ እንተበልና፥ ራብዓይ ኣካል ኢና ንውሰኽ ዘሎና። ከምዞም ነዚ ከምዚ ዝበለ ክፉእ ነገር ዝናገሩ መናፍቓን ውን ኢና ኾኸውን። እዞም ዓያሱ ከምዚ ብምባሎም ንርእሶም ፈላጣት ይገብሩ። እዚኣቶም ካባናን ካብ ትምህርቲ ናይታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንን ዝተፈልዩ እዮም።
፲፭ እፎኑ ይብልዎ ለ፩ዱ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያተ ወ፪ቱ አካላተ ወይሬስዩ ቅድስተ ሥላሴ አርባዕተ አካላተ ወኢይደሉ ይትበህል ዘከመዝ ንባብ ርኩስ ይቤ ቅዱስ ቄርሎስ አልቦ አምሳል ወአርአያ ዘእንበለ አካል ወተዋሕዶ ፩ዱ አካል እም፫ቱ አካላት በሥርዓት አምላካዊት ከመ ያጽድቅ ትስብእቶ።	15 ነቲ ሓደ ክርስቶስ ከመይ ኢሎም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ይብልዎ፡ ንቅድስቲ ሥላሴ ከመይ ኢሎም ኣርባዕተ ኣካላት ይገብርዎም፡ ከምዚ ዝበለ ዝተነኾፈ ዘረባ ክዝረብ ኣይግባእን። ቅዱስ ቄርሎስ፥ 'ኣካል ዘይብሉ ምሳሌን መልክዕን የልቦን። ሰብ ምኻኑ ንከረድእ ብኣምላኻዊ ምሥጢር ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ተዋሓደ ደኣ እምበር' በለ።
፲፮ በከመ ይቤ ቅዱስ ቴዎዶጦስ እንዘ ይዘልፎ ለንስጥሮስ ዕልው ወይብል አይቴ ዝኩ ዘከፈሎ ለክርስቶስ ኅበ ፪ቱ ክፍል ወረሰዮ ለ፩ዱ ኅበ ፪ቱ ለ፩ዱ ገብር ወለካልኡ እግዚእ ለ፩ዱ ሐማሚ ወለካልኡ ኢሐማሚ ወምንትኑ ተዋሕዶ ዘሀሎ ዝየ እምከመ ገብርዎ ለ፩ዱ ግብር ፪ቱ ምግባረ።	16 ከምቲ ቅዱስ ቴዎዶጦስ ንከሓዲ ንስጥሮስ ክቃወሞ ከሎ፥ ንክርስቶስ ናብ ክልተ ወገን ዝኸፈሎ፥ ነቲ ሓደ ክልተ ጌሩ ነቲ ሓደ ጐይታ ነቲ ሓደ ግዙእ ከምኡ ውን ነቲ ሓደ ዝሓምም እቲ ሓደ ኽኣ ዘይሓምም ኢሉ ነቲ ሓደ ክልተ ዝገበሮ ንስጥሮስ ኣበይ ኣሎ፡ ነቲ ሓደ ሥራሕ ክልተ ካብ ገበርዎ፥ ካብዚ እንታይ ተዋሕዶ ይርከብ፡ ክብል ዝተዛረቦ እዩ።

ዘአትናቴዎስ ም፡ ፻፯	ዘአትናቴዎስ ም፡ 106
፻፯ ወከማሁ አትናቴዎስ ይቤ ኢትበሉ ለወልድ ዋሕድ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ለ፩ዱ ዘይሰገድ ወለካልኡ ዘኢይሰገድ ንሕነሰ ንብል ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ ወከመዝ ውእቱ ጽድቀ ተዋሕዶቱ ለአምላክነ ወተጠየቀ በጎቤነ ዝንቱ ዘኮነ ፩ደ ዘበአማን ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ።	17 ከምኡ ውን ኣትናቴዎስ፥ ንወልድ ዋሕድ ኑቲ ሓደ ዝስገደሉ ኑቲ ካልእ ኽኣ ዘይስገደሉ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ኣይትበሉ። ንሕና ግና ሥጋ ዝተዋሓደ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ እዩ ንብል። ንሥጋኡ ከይፈለና ሓንቲ ስግደት ንሰግድ። ናይ ፈጣሪና ሓቀኛ ተዋሕዶ ከምዚ እዩ። እዚ ብዘይምፍላይን ብዘይምልዋጥን ብሓቂ ሓደ ዝኾነ ብኣና ርዱእ እዩ።
፻፰ ወንሕነሰ ይደልወነ ናርሕቅ እምኔነ ኵሎ ፍልጠተ እምድኅረዝ ዳግመ በከመ ይቤ ቅዱስ ቄርሎስ ኢይደሉ ከመ ይትበሀል ፪ቱ ህላዌያት ወኢ፪ቱ አካላት ወኢ፪ቱ ገጻት ለወልድ ዋሕድ በገጽ እምገጻት አላ እንበለ ዳእሙ ፩ዱ ህላዌ ንሌቡ እም፪ቱ ህላዌያት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ዘኮኑ ፩ደ ህላዌ በተዋሕዶ።	18 ንሕና ግና ድኅሪ ተዋሕዶ ዳግማይ፥ ናይ ኣካልን ናይ ባህርይን ምኽፋል ኵሉ ካባና ከኣርሕቕ ይግባእ። ቅዱስ ቄርሎስ፥ ‹ካብ ሥራሕ ብዝኾነ ሥራሕ፥ ኑቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ክልተ ገጽ ኣለዎ ክበሃል ኣይግባእን› ከምዝበለ። እኳ ደኣ ክልተ ባህርያት ሓደ ባህርይ ከምዝኾኑ ንፈልጥ። እዚኣቶም ውን ብተዋሕዶ ሓደ ባህርይ ዝኾኑ ትስብእትን መለኮትን እዮም።
፻፱ ወጉባኤ ኬልቄዶንሰ ኃጥአን ወዐላውያን ነሥቱ ሥርዓተ ወንጌል ቅዱስ ወከፈልዎ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዘኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ፍሉጣት ተዐደዉ ወይቤሉ እስመ ዛቲ መሠረተ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት ይእቲ ለነሰ ይደልወነ ከመ ንኅድግ እምኔነ ዘንተ ዕበደ ወዕልወተ አይሁዳዌ ወንደምስስ እምሕሊናነ ፍጹመ ለግሙራ።	19 ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ ኃጥኣን ከሓድያን ግና ንሥርዓተ ቅዱስ ወንጌል ኣፍረሱ። ኑቲ ዘይክፈል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ በበይናም ዝኾኑ ክልተ ባህርያት ከፈልዎ፥ ብድፍረት ውን 'እዚኣ ቅንዕቲ ሃይማኖት መሠረት እያ' በሉ። ንኣና ግና ነዚ ድንቁርና እዚን ካብ ኣይሁድ ዝተረኽበ ክሕደት እዚን ካባና ከኣርሕቐ ይግብኣና። ካብ ልብና ውን ፈጺምና ንደምስሶ።
፻፲ ወኢንበል ስመ ህላዌ መለኮት ይገብር ግብረ መለኮታዊ ወትስብእትሂ ይገብር ግብረ ትስብእታዊ ወበብሂሎቶሙ ዘንተ ንባበ ያበውኡ ፪ቱ ህላዌያተ ወ፪ቱ አካላተ እምድኅረ ተዋሕዶ በከመ ሐልዮቶሙ ርኵስት ወእሉ ኵሎሙ ምኑናን ወፍሉጣን ወርኩሳን እምኔነ ወእምትምህርተ አበው ርቱዐነ ሃይማኖት እለ ርእዩ ቤተ ክርስቲያኑ በጽድቅ ወበርትዕ ወኢንባእ ውስተ ሐሰቶሙ ለእሙንቱ ዐላውያን።	20 መለኮት ሥራሕ ኣምላኽነት ይሠርሕ፥ ሥጋ ውን ሥራሕ ሰብነት ይሠርሕ ኣይንበል። ከምቲ ክፉእ ሓሳቦም ድኅሪ ተዋሕዶ ነዚ ብምዝራቦም ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ምባል የምጽኡ። እዞም ኵሎም ጽሉኣትን ንቑፋትን እዮም። ካብ ትምህርቲ እቶም ብሓቅን ቅንዕናን ቤተ ክርስቲያን ዝሓለዉ ርቱዓነ ሃይማኖት ኣቦታትና ውን ዝተፈልዩ እዮም። ኣብ ክሕደት ናይዞም ዓላውያን ውን ኣይንእቶ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፮	ዘዮሐንስ ም፡ 106
፩፻፪ ወዳእሙ ንሕነሰ ንትአመን ከመ እግዚአብሔር አምላክነ ውእቱ አማኑኤል ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ እግዚእ ወ፭ዱ መሢሕ ወ፭ዱ ወልድ ወ፭ዱ አካል ወ፭ዱ ገጽ ቃል ዘተዋሐደ ወተሠገወ እም፪ቱ ህላዌያት ወእም፪ቱ አካላት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ወኮኑ ፪ሆሙ ፭ደ ህላዌ ወ፭ደ ምግባረ ወንትአመን ዓዲ ከመ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ወይትዔረዮ ለአብ በህላዌ መለኮቱ ወይትዔረየነ ለነ በህላዌ ትስብእቱ።	21 ንሕናስ፥ እቲ ካብ ክልተ ባህርያትን ክልተ ኣካላትን ሓደ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ሓደ ወልድ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ክኸውን ከሎ፡ ንሱ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣማኑኤል ከምዝበሃል ንኣምን። እዚኣም ድማ መለኮትን ትስብእትን እዮም። ክልቲኦም ውን ሓደ ባህርይ ሓደ ግብሪ ኮኑ። ሕጂ ውን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ ንኣምን። ብባህርየ መለኮቱ ንአብ ይመስሎ። ብባህርየ ትስብእቱ ድማ ንኣና ይመስለና።
፩፻፫ ወቦቱ አካል ሉዐላዊ አምላካዊ ከመ ይደሉ ለመለኮቱ እስመ ለሊሁ አምላክ ወገብረ ተአምራተ ወመንክራተ በጎይለ መለኮቱ እንዘ ኢይትፈለጥ እምትስብእቱ ወግብራቲሂ ትሑታተ ረሰየ ሎቱ ዘውእቶሙ ረኀብ ወጽምእ ወድካም ወዘይመስሎሙ ለእሉ ወሐመ በሕማመ ሥጋ ማሕየዊት በፈቃዱ ወሞተ በዲበ ዕፀ መስቀል በእንቲኣነ።	22 ንመለኮቱ ከምዝግባእ ናይ ባህርይ ኣምላኽነት ገንዘቡ ዝኾነ ኣካል ኣለዎ። ንሱ ኣምላኽ ስለዝኾነ ካብ ሥጋኡ ከይተፈለየ ብሥልጣነ መለኮቱ ተኣምራት ገበረ። ግሩም ሥራሕ ውን ሠርሐ። ከምኡ ድማ ናይ ድኻም ሥራሓት ንርእሱ ገንዘብ ገበረ። እዚኣቶም ድማ ጥሜት ጽምኢ ድኻምን ነዚኣም ዝመስሉን ኩሎም እዮም። ብፍቓዱ ድማ እተድኀነ ሕማመ ሥጋ ሓመመ። ምእንታና ኸኣ ኣብ መስቀል ሞተ።
፩፻፬ ወነአምን ዓዲ በትንሣኤሁ እምድኅረ ሠሉስ መዋዕል ዘይደሉ ለመለኮቱ ቀተሎ ለሞት በሞቱ ወሰዐረ ሕማመ እምኔነ ወአንሥአነ ምስሌሁ ወረሰየነ ከመ ንኩን ኢሐማምያነ ወኢንሰስል ወኢንርሐቅ እምነ ጽድቅ ወኢንትወለጥ ወአሰፈወነ ሕይወተ ብፅዕተ እንተ ኢተኀልፍ ወኢተኀልቅ።	23 ከምኡ ውን ንመለኮቱ ዝግባእ ብምኻኑ፡ ድኀሪ ሠለስተ መዓልቲ ምትንሣኡ ንኣምን። ንሞት ብሞቱ ኣጥፍኣ። ካባና ውን ሕማም ኣጥፍኣ። ምስኡ ከኣ ኣተንሥኣና። ዘይንሓምም ከም እኽኸውን፡ ካብ ሓቂ ከምዘይንርሳዕን ከምዘይንልወጥን ገበረና። ዘይትኀልፍን ዘይትውዳእን ቅድስቲ ሕይወት ከምዝህበና ኸኣ ነገረና።
፩፻፭ ወእለሰ ይብሉ ከመ ሥጋሁ ቅዱስ ለእግዚእነ ዘአልቦቱ ደነስ እምሰማይ አው እምካልእ ፍና አው አልቦቱ ነፍስ ወልቡና አው ኢየሐምም ወኢይመውት እለሰ ይብሉ ዘንተ ይከውኑ በጎበኔ ከመ አብዳን እለ አልቦሙ ልብ ወአእምሮ ወንሕነሰ ናርሕቅ ኪያሆሙ ወናወግዞሙ በኵሉ ጊዜ ወለኵሎሙ ዐላውያን አጽራረ ጽድቅ ወተላውያነ ሐሰት በከንቱ።	24 እቶም ነቲ ኃጢኣት ዘይብሉ ንጹሕ ሥጋ ጐይታና፥ ካብ ሰማይ ወይ ካብ ካልእ ባህርይ ከምዝተረክበ፡ ወይ ነፍሲ ፍልጠት ከምዘይብሉ፡ ወይ ድማ ዘይሓምም ዘይመውት ከምዝኾነ ዝዛረቡ ግና፥ ብኣና ልብን ኣእምሮን ዘይብሎም ዓያሹ ይኾኑ። ንሕና ድማ ንእኣም ነርጎቆም። ኵሉጊዜ ኀኵሎም እቶም ጸላእቲ ጽድቅን ነገረ ሓሶት ብኸንቱ ዝስዕቡን መናፍቓን ነውግዞም።

❖ ❖ ❖

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
ምዕራፍ ፻፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 107 ክፍሊ 1**
፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወዘምሥራቅ ጎበ አባ ዘካርያስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ወግብጽ ወእለ ምስሌሃ ንዌጥን በረድኤተ እግዚአ ብሔር እንዘ ንሬሲ ተስፋነ ላዕለ ቅድስት ሥላሴ እለ ዕሩያን በመለኮት ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ ሥልጣን ወ፩ዱ መንግሥት ወአሐቲ ፈቃድ ወ፩ዱ ሥምረት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እለ ዕሩያን በ፩ዱ መለኮት ይሰገዱ በአሐቲ ስግደት።	1 ናይ ኣንጾኪያን ምሥራቕን (ስልቅ) ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ ዮሓንስ ናብ ናይ እስክንድርያ፡ ግብጽን ተሓበበርቲ ዓድታትን (ኖባን ፋሰቆሎን) ሊቀ ጳጳሳት ናብ ዝኾነ ኣባ ዘካርያስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፥ እምነትና ኣብቶም ብመለኮት፡ ብሓንቲ ኃይሊ፡ ብሓንቲ ሥልጣን፡ ብሓንቲ መንግሥቲ፡ ብሓንቲ ፍቓድን፡ ብሓደ ሥምረትን፥ ሓደ ዝኾኑ ቅድስቲ ሥላሴ ጌርና፡ ብረድኤት እግዚኣብሔር ንጅምር ኣሎና። እዚኣም ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት፥ ሓንቲ ስግደት ይስገደሎም።
፪ በከመ ይቤ ታኦንሎስ በእንተ ቅድስት ሥላሴ እብል አንሰ ወእከሥት ገሃደ በእንተ ባሕርይ ዘይትሌዐል እምኵሉ ወይሴባሕ ፈድፋደ በ፩ዱ መለኮት እሉ እሙንቱ ፍጹማነ መልክዕ ዘበአማን ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢይትበሀል ኮነ ካልኡ ድኅረ አሐዱ ወሣልሱ ድኅረ ካልኡ ይሴብሑ እምኵሉ አሐተ ስባሔ ወኢይትፈለጡ በምንትኒ ግብር እምነ ግብራት አብ ወላዴ ወልድ ውእቱ ወልድኒ ተወልደ እምኔሁ ቅድመ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን ወመንፈስ ቅዱስኒ ወጽአ እምኔሁ።	2 ከምቲ ቴዎንሎስ ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ፥ 'ኣነ ስለቲ ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ ብሓደ መለኮት ፈጺሙ ዝምስገን ባህርይ ኣግሂደ እዛረብ ኣለኹ። ብሓቀኛ መልክዕ ፍጹማን ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት እዚኣቶም እዮም። ንሳቶም ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።' ዝበሎ እዩ። እቲ ካልኣይ ድኅሪ ቀዳማይ፡ እቲ ሣልሳይ ድማ ድኅሪ ካልኣይ ተረኽበ ኣይበሃልን። ብኵሉ ሓንቲ ምስጋና ይምስገኑ። ካብ ሥራሕ ከኣ ብዝኾነ ሥራሕ ኣይፈላለዩን። ንወልድ ዝወለደ **አብ** እዩ፡ ወልድ ውን ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ካብኡ ተወልደ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብ **አብ** ሠረፀ።
፫ እስመ አብ ህልው እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን ወልድኒ ህልው እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን ወመንፈስ ቅዱስኒ ህልው እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን አብሰ ኢተወላዲ ውእቱ ወባሕቱ ወልድ ተወልደ እምኔሁ ከመ ብርሃን ዘእምብርሃን ወመንፈስ ቅዱስኒ ሠረፀ እምኔሁ ወሶበኒ ንቤ ከመ አብ ኢተወልደ ወወልድኒ ተወልደ እምኔሁ ወህልው ምስሌሁ ወመንፈስ ቅዱስኒ	3 ከመይ **አብ** ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ዝነበረ እዩ፡ ወልድ ውን ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ዝነበረ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ዝነበረ እዩ። **አብ** ዘይተወልደ እዩ፡ ከምቲ ብርሃን ካብ ብርሃን ዝርከብ ወልድ ኸኣ ካብ **አብ** ተረኽበ እምበር። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ሠረፀ እምበር። **አብ** ኣይተወልደን። ወልድ ካብ **አብ** ተወልደ፡ ምስኡ ውን ብቅድምና ዝነበረ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ካብ **አብ** ሠረፀ እንተበልና ውን ከም ልደት ኣቦታት ከም ኣብርሃም፡ ከም

ዘዮሐንስ ም፡ ፲፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
ወጽአ እምኔሁ ኢተሐሊ ከመ ወልድ የሐጽጽ እምአብ ወመንፈስ ቅዱስሂ እምወልድ ከመ ልደተ አበው አብርሃም ይስሐቅ ወያዕቆብ አላ ዕሩያን እሙንቱ በቅድምና ወበምልክና ወፈጣሬ ኵሉ ፍጥረታት ወበኵሉ ግብር ዘይደሉ ለእግዚአብሔር።	ይስሓቅ፡ ከም ያዕቆብ፥ ወልድ ካብ አብ ይንእስ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ ወልድ ይንእስ ኢልካ ኣይትሕሰብ። እኳ ደኣ ብቀዳማዊነትን ብኣገዛዝኣን፡ ንኵሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ብኵሉ ንእግዚኣብሔር ዝግባእ ሥራሕን ሓደ እዮም።
፬ ወሶበሂ ንብል ፩ዱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ መለኮት ንብል በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እሉ ህልዋን እምቅድመ ኵሉ አዝማን ወመዋዕል ዘኢፍጡራን ወኢግቡራን ኢይትዌለጡ ወኢይትገመሩ ወኢያስተርእዩ አልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት ሀላውያነ ኵሉ ጥንት ፈጣርያነ ኵሉ ፍጥረታት ከሃልያን ላዕለ ኵሉ።	4 ሓደ እግዚኣብሔር ሓደ መለኮት እንተ በልና ውን ብዛዕባ እቶም ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ዝነበሩ፡ ብኣርምሞን ብነቢብን ዘይተፈጥሩ ብዛዕባ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንዛረብ ኣሎና። ኣይልወጡን ኣይውሰኑን ኣይረኣዩን ጥንተ ፍጻሜ የብሎምን። ቅድሚ ኵሉ ፍጥረት ዝነበሩ፡ ንኵሉ ፍጥረት ዝፈጠሩን ኵሉ ምግባር ዝክእሉን እዮም።
፭ ወሠራዕያነ ኵሉ ፍጥረት እለ እሙራን በ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንበለ ትድምርት ወእጉዛን በጽምረተ አሐቲ መለኮት እንበለ ተከፍሎ ወኢፍልጠት እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ዱ ተዋሕዶ በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ እስመ ለአብሰ ዘበአማን ኢይቤላ መጻሕፍት ለግሙራ ከመ ውእቱ ተወልደ አላ ወላዴ ወልድ ውእቱ።	5 ብዘይ ምትሕውዋስ ብሠለስተ ኣካላት ብሠለስተ ገጻት ይፍለጡ። ብዘይምኽፋልን ብዘይምፍላይን ብሓድነት ሓንቲ መለኮት ዝጸንዑ፡ ንኵሉ ፍጥረት ወሲኖም ዝነብሩ እዮም። ሓደ ከለዉ ሠለስተ፡ ሠለስተ ከለዉ ኸኣ ሓደ እዮም። ሓድነት ኣብ ሠለስትነት ሠለስትነት ኸኣ ኣብ ሓድነት ኣሎ። ወልድ ከም ዝተወልደ ደኣ ተዛረቡ እምበር ብዛዕባቲ ዘይልወጥ **አብ**ን ከም ዝተወልደ መጻሕፍቲ ፈጺሞም ኣይተዛረቡን።
፮ ወለሙቱ ሥርዓተ አብና እስመ ውእቱ ወላዲ ወኢተወልደ በእንተ ዝንቱ ይሰመይ አበ ዘበአማን ወለወልድሂ ዓዲ ለሙቱ ሥርዓተ ወልድና ወበእንተዝ ይሰመይ ዘበአማን ወልደ ወኢይሰመይ አበ ወኢወላዴ አላ ተወላዲ ውእቱ ወለመንፈስ ቅዱስሂ ዓዲ ለሙቱ ሥርዓተ መንፈስ ቅዱስና ወቦቱ አካል ዘከመ አብ ወወልድ ወኢይሰመይ አበ ወኢወልደ አላ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ዘወጽአ እምአብ።	6 ንኣብ ስም ኣቦነት፡ ግብሪ ኣቦነት ገንዘቡ እዩ። ወለደ ደኣ እምበር ኣይተወልደን። ስለዚ ኣቦ ዘይብሉ ኣቦ ይበሃል። ከምኡ ድማ ንወልድ ስም ወልድነት ግብሪ ወልድነት ገንዘቡ እዩ። በዚ ኸኣ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ይበሃል፡ ተወልደ ይበሃል እምበር ኣቦ ወይ ወላዲ ኣይበሃል ንዩ። ንመንፈስ ቅዱስ ውን ስም ሕይወትነት ግብሪ ሕይወትነት ገንዘቡ እዩ። ከም ናይ **አብን** ወልድን ኣካል ኣለዎ። ካብ **አብ** ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ይበሃል እምበር **አብ** ወይ ወልድ ኣይበሃልን እዩ።
፯ ወዘንተ ትምህርተ ተምህርነ ወለበውነ እምአበዊነ ቅዱሳን ለባስያነ እግዚአ ብሔር ወአጎዝያነ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያኑ ቅድስት ንሕነሰ ምእመናን	7 ነዚ ትምህርትዚ ውን ካብቶም እግዚኣብሔር ዝኃደሮምን ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ዝተቐበለቶም ምሥጢራት ወሲኖም ዝኃዙን ኣቦታትና ተማሂርና ፈለጥና። ንሕና ምእመናን ግና በቲ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
ንትአጎዝ ወንሂሉ በዘተምህርነ እምአበዊነ ተጋዳልያን ርቱዓነ ሃይማኖት ወኢናንን ቀለቅል ለግሙራ ኀበ ካልእ ሃይማኖት በእንተ ቅድስት ሥላሴ ወዳእሙ ናወግዝ ኮሎ መናፍቃነ እለ ኢየአምኑ ወኢይትአመኑ በዘነበብነ።	ካብ ርቱዓነ ሃይማኖት ተጋዳልያን ኣቦታትና ዝተመሃርናዮ ጸኒዕና ንነብር። ካብቲ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ ካብ ዝኣመንናዮ እምነት ናብ ካልእ ሃይማኖት ኣይነናወፅን። ኸኮሎም በቲ ዝበልናዮ ዘይኣምኑ መናፍቓን ነውግዞም ደኣ እምበር።
፰ ወሶበ ቀርበ ወአልጸቀ ፍጻሜ መዋዕል በከመ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ ሠምረ እግዚአብሔር አብ ወፈነወ ወልዶ ፍቁሮ አጽነነ ርእሶ በከመ ጽሑፍ ወወረደ ኀቤነ እንዘ ልዑል ውእቱ አንደየ ርእሶ እንዘ ባዕል ወተትሕተ እንዘ ክቡር ውእቱ ወተርእየ እንዘ አምላክ ውእቱ ወጽአ እንዘ ኢይትፈለጥ እምሕጽነ አቡሁ ሰማያትኒ ወምድርኒ ምሉአን እምኔሁ። ዘፍ ፲፰፡፲። ገላ ፬፡፬። መዝ ፲፵(፲፭)፡፱። ፪ቆሮ ፰፡፱። ዮሐ ፩፡፱-፲፩።	8 ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዝበለ፥ ፍጻሜ ዘመን ምስ በጽሐ እግዚኣብሔር **እብ** ነቲ ዝፈትዎ ወዱ ብፍቕዱ ለኣኸ። ልዑል ባህርይ እንከሎ ከምቲ ዝተጻሕፈ ርእሱ ኣትሒቱ ሰብ ኮነ፡ ክብሪ ዘይደሊ እንከሎ ንክብሪ ዝደሊ ሥጋ ተዋሓደ። ጐይታ ክብሪ እንከሎ ውን ተዋረደ። ኣምላኽ ከሎ ብሥጋ ተራእየን ተገልጸን። ካብ ሓድነት ኣቦኡ ከይተፈልየ ናብዚ ዓለም እዚ መጸ። ሰማይን ምድርን ውን ብእኡ ተመልኡ። ዘፍ. 18፡10። ገላ 4፡4። መዝ 18(17)፡9። 2ይ ቆሮ 8፡9። ዮሓ 1፡9-11።
፱ ሠምረ ወወረደ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ማርያም በብሥራተ ገብርኤል መልአክ አመ ይቤላ ሰላም ለኪ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ቡርክት አንቲ እምአንስት ወናሁ ትፀንሲ ወትወልዲ ወልደ ወይሰመይ ስሙ ኢየሱስ ወውእቱ ያድኅኖሙ ለሕዝቡ እምኃጢአቶሙ ቦኡ ይቤላ መልአክ ለድንግል ትወልዲ ወልደ በ፪ቱ ህላዌያት ሐሰ ወእለሰ ይከፍሉ ህላዌሁ ለክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት አብዳን እሙንቱ ወርጉማን ። ሉቃ ፩፡፳፮-፴፱።	9 ብቓል ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ፥ ' ጸጋን ክብርን ዝተመላእኪ ድንግል፡ እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍሰኺ ነፍስ ወሲዱ ሰብ ክኸውን እዩ ክብሪ ይግብኣኪ። ካብ ኣንስቲ ተፈሊኺ ክብርቲ ኢኺ፡ እንሆ ክትፀንሲ ኢኺ ወዲ ውን ክትወልዲ ኢኺ፡ ስሙ ውን ኢየሱስ ክስመዩ፡ ንሱ ኸኣ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም እዩ' ምስ በላ፥ ብፍቕዱ ወሪዱ ኣብ ማኅፀን ድንግል ማርያም ኃደረ። ብሓቂ መልኣኽ ንድንግል 'ብኽልተ ባህርይ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ዶ ኢልዋ እዩ፡' ኣይ በላን! እቶም ንባህርየ ክርስቶስ ናብ ክልተ ባህርይ ዝኸፍሉ ግና ዓያሹ ዝተረግሙ እዮም። ሉቃ 1፡26-39።
፲ ወናሁ ኮሎሙ መምህራን ይትአመኑ ከመ ክርስቶስ ዘተሠገወ ፩ዱ ውእቱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ እም፮ቱ ገጻት እለ ዕሩያን በመለኮት ወከመዝ ዓዲ ይቤ ቅዱስ አቡሊድስ ኤጲስ ቆጶስ ዘሮምያ በእንተ ተዋሕዶቱ ለክርስቶስ ወሶበሂ ንሰምዮ ሰብአ አልቦ መኑሂ ዘይክሕድ ህላዌ መለኮቱ ዘይትዋሐድ ምስለ ሥጋ ወሶበሂ	10 እንሆ ኮሎም መምህራን፥ እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ፡ ሓደ ኣካል፡ ከምኡ ውን ካብቶም ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ይኣምኑ። ከምኡ ኸኣ ናይ ሮማ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ኣቡሊዲስ ብዛዕባ ተዋሕዶ ክርስቶስ ከምዚ በለ፥ 'ንሱ ሰብ ኮነ ውን እንተበልና ነቲ ምስ ሥጋ ዝተዋሓደ ባህርየ መለኮቱ ዝኽሕድ ሓደ እኳ የልቦን። ሥጋ ስለዝተዋሓደ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
ንሰምዮ ገብረ በእንተ ሥጋ ዘለብሶአልቦ መኑሂ ዘይክሕድ ህላዌ መለኮቱ ወመንግሥቶ ዘለዓለም ወኢይትከፈል በምግባር ወኢበስም ከመ ብእሲ እምነ ፪ቱ ጠባይዕ ፍጹምን ዘውእቶሙ ነፍስ ወሥጋ ኢይትበሀሉ ፪ቱ ህላዌያት አላ ፭ዱ ውእቱ በስምኒ ወበህላዌኒ ወሶበኒ ይሰመይ ሥጋ አኮ ዘትትፈለጥ እምኔሁ ነፍስ ወሶበሂ ይሰመይ ኮለንታሁ ነፍስ አኮ ዘይትፈለጥ እምኔሁ ሥጋ ወከምዝ ውእቱ ተዋሕዶተ መለኮቱ ለአምላክነ ምስለ ትስብእቱ ኢይትበሃል ፪ቱ ህላዌያት አላ ፭ዱ ህላዌ ውእቱ። ኢሳ ፵፡፭-፮። ሉቃ ፫፡፮። ፭ጴጥ ፩፡፳፬።	አገልገለ እንተበልናዮ ውን ኑቲ ባህርየ መለኮቱን ዘለዓለማዊ መንግሥቱን ዝክሕድ ሓደ እኳ የልቦን። ፍጹማን ካብ ዝኾኑ ክልተ ጠባያት (ነፍስን ሥጋን) ዝተረኽበ ሰብ ሓደ ባህርይ ይበሃል፡ ብሓደ ስም ውን ይጽዋዕ ደኣ እምበር፡ ክልተ ባህርይ ምእንቲ ከይበሃል ብስምን ብግብርን ኣይክፈልን እዩ። ሥጋ ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዓሉ ጊዜ፥ ነፍሲ ካብኡ ትፍለ ኣይኮነትን። ኮለንትናኡ ነፍሲ ተባሂሉ ኣብ ዝጽውዓሉ ጊዜ ውን፥ ሥጋ ካብኣ ዝፍለ ኣይኮነን። ናይ ፈጣሪና መለኮቱ ምስ ሥጋኡ ዝተዋሓዶ ተዋሕዶ ውን ከምዚ እዩ። ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ይበሃል እምበር ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣይበሃልን እዩ' በለ። ኢሳ 40፡5-6, ሉቃ 3፡6, 1ይ ጴጥ 1፡24።
፲፭ ወከማሁ ቅዱስ አትናቴዎስ ኤጲስ ቆጶስ ዘእለ እስክንድርያ ይቤ እስመ ሃይማኖትነ ርትዕት ይእቲ እንተ ነሣእናሃ ወተምህርናሃ እምአበዊነ ሐዋርያት ወአርትዕዋ አበው ወከሠትዋ እመጽሐፈ ብሉይ ወሐዲስ ወእም ነቢያትሂ ቦ እምኔሆሙ ዘይቤ ፈኑ ቃለከ ወጽድቀከ ወቦ እምኔሆሙ ዘይቤ ናሁ ድንግል ትፀንስ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ስሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ ወምንትኑ ትርጓሜሁ ለዝንቱ ዘእንበለ ዳእሙ ይትወለድ እግዚአብሔር በሥጋ። ኢሳ ፯፡፲፬። መዝ ፵፫(፵፪)፡፫። ፻፯(፻፮)፡፳። ሮሜ ፩፡፫።	11 ከምኡ ድማ ናይ እስክንድርያ ኤጲስቆጶስ ኣትናቴዎስ ከምዚ በለ፥ ' እታ ካብ ኣቦታትና ሓዋርያት ዝተመሃርናያ፡ ከምኡ ውን ሊቃውንቲ ካብ መጻሕፍተ ብሉይን ሓዲስን ነቢያትን ረኺቦም ገሊጾም ዘረድእዋ ሃይማኖትና ቅንዕቲ እያ። ካብቶም ነቢያት ውን ' ኣ ጐይታ ቃልካን ጽድቅኻን ለኣኽ' ዝበለ ኣሎ፣ ገለ ውን 'እንሆ ድንግል ኪትፀንስ እያ ወዲ ውን ኪትወልድ እያ፡ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ክበሃል እዩ፡ ትርጕሙ ድማ እግዚኣብሔር ምሳና ማለት እዩ' ዝበለ ኣሎ። ናይዚ ትርጓሜ እንታይ እዩ፧ እዝስ 'እግዚኣብሔር ብሥጋ ኪውለድ እዩ ማለት ዶ ኣይኮነን'። ኢሳ 7፡14። መዝ 43(42)፡3። 107(106)፡20። ሮሜ 1፡3።
፲፮ ወበካልእኒ ገጸ መካን ይብል እመቦ እምነ ምእመናን ዘኢየአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ዘአስተርአየ እማርያም ድንግል ወኮነ ሰብአ ውእቱ ወልደ አብ ሰማያዊ ዘበአማን ወቃልሂ ዘውእቱ እምእግዚአብሔር ተሰብአ እምዘርአ ዳዊት ውጉዘ ለይኩን።	12 ኣብ ኻልእ ዓንቀጽ ውን፥ 'እቲ ሰብ ኮይኑ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ ዝተራእየ እግዚኣብሔር ቃል ብሓቂ ወዲ ሰማያዊ ኣብ ከምዝኾነ፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተረኽበ ቃል ውን ካብ ዘርኢ ዳዊት ሰብ ከምዝኾነ ዘይኣምን ካብ ወገን ምእመናን እንተሎ ውጉዝ ይኹን' ይብል።
፲፯ ወበካልእኒ ገጸ መካን ይብል እስመ ወልደ እግዚአብሔር ኮነ ሰብአ ከመ ይኩኑ ቦቱ ደቂቀ አዳም ውሉደ	13 ኣብ ካልእ ዓንቀጽ ድማ፥ ደቂ ኣዳም ብናቱ ሰብ ምኻን፡ ደቂ እግዚኣብሔር ምእንቲ ክኾኑ ወልደ እግዚኣብሔር ሰብ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
እግዚአብሔር እስመ ቃልሰ ዘእምአብ ተወልደ ቅድመ እምቅድመ ኵሉ አዝማን እመልዕልተ ኵሉ ንባብ ወኢንክል አብጽሖተ ፍካሬሁ በንባብ ወበልቡና እስመ ቀዳማዊ ውእቱ እምቅድመ ኵሉ ፍጥረታት ዘመልዕ ልት ወዘመትሕት ወለሊሁ ውእቱ ፈጣሪሆሙ ወባሕቱ ለሊሁ ሠምረ በፈቃዱ ወአስተርአየ እምእግዝእትነ ማርያም ድንግል ወኮነ ሰብአ።	ከምዝኾነ ይነግር። እቲ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ቃል ካብ **አብ** ዝተወልዶ ልደት ግና ልዕሊ ኵሉ ምዝራብ እዩ። ንምሥጢሩ ብልብና መርሚርና ክንዛረቦ ኣይከኣለናን እዩ። ቅድሚ ኵሎም ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ፍጥረታት ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ። ፈጣሪኦም ውን ንሱ እዩ። እንተኾነ ግና ንሱ ብፍቓዱ ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮይኑ ተገልጸ።
፲፬ ወከማሁ ይቤ ቅዱስ ቄርሎስ በእንተ ህላዌያት ፪ቱ ኢፍሉጣን እሙንቱ አላ ስንዕዋን ወዕሩያን በስባሔ ወአልቦሙ ፍልጠት እምድኅረ ተዋሕዶ ለግሙራ ወለእመኒ ተብህለ ኃደረ ፩ዱ በካልኡ ከመ ምንትኒ ግብር ኢይደሉ ይፍልጥዎ ኀበ ፪ቱ እስመ ለሊሁ ተጋብአ በተዋሕዶተ ፩ዱ ከሚን ። ዮሐ ፩፡፲፬።	14 ከምኡ ኸኣ ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ ክልተ ባህርያት ከምዚ በለ፥ 'ሓደ እዮም እምበር ዝተፈላለዩ ኣይኮኑን፡ ብኽብሪ ውን ፍልልይ የብሎምን። ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ብፍጹም ምፍልላይ የብሎምን' በለ። እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኃደረ (ቃል ሥጋ ኮነ ኣባና ውን ኃደረ) እንተተባህለ ውን ከም ዝኾነ ሥራሕ ናብ ክልተ ክሽፍልዎ ኣይግባእን እዩ። ምኽንያቱ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሓደ ኮይኑ እዩ። ዮሓ 1፡14።
፲፭ ወከምዝ ዓዲ ያረብሐነ ጳውሎስ ሐዋርያ ጠቢብ በቃለ ምህሮሁ እንዘ ይብል እስመ ብእሲኒ ዘአፍአ ይትዌለጥ ወባሕቱ ብእሲኒ እንተ ውሥጥ ይትሐደስ ዕለተ እምዕለት ወበብሂሎቱሰ ብእሲኒ ዘውሥጥ ዘኀዱር በዘአፍአዊ ነበበ በዝንቱ ጽድቀ ወባሕቱ ረሰዮ ፭ደ ወኢከፈሎ ኀበ ፪ቱ ። ፪ቆሮ ፬፡፲፮።	15 ከምኡ ውን እቲ ፈላጥ ሓዋርያ ጳውሎስ ወንጌል ኣብ ዝምህረሉ ጊዜ፥ እቲ ደጋዊ ሰብነትና ብሕማም ብሞት ይልወጥ፡ ውሽጣዊ ሰብነትና ግና ዕለት ዕለት ይሕደስ' ክብል የረድኣና። ኣብ ደጋዊ ሰብነትና ዝኃደረ ውሽጣዊ ሰብነትና ብምባሉ፥ በዚ ነቲ ሓቂ ተዛረበ። ሓደ ደኣ ገበሮ እምበር ናብ ክልተ ኣይከፈሎን። 2ይ ቆሮ 4፡16።
፲፮ ወቅዱስኒ ዮሐንስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቀስጥንጥንያ ይቤ ኃደረ ላዕለ ድንግል ፀሐየ ጽድቅ ዘበአማን ዘኢይትገመር ወኢይትዌለጥ ወኢንት ኀሠሥ ዘከመ እፎ ውእቱ እስመ እግዚአብሔር ከሀሊ ዘከመ ፈቀደ ኵሎ ይገብር ወኢይሰአኖ ምንትኒ ግብር ወለሊሁ በፈቃዱ ወረደ ወአድኀነ ኵሎ ፍጥረቶ እንዘ አምላክ ኮነ ሰብአ ወሐመ በሕማመ ዚአነ ወበእንተ ዝንቱ ኢተወለጠ መለኮት ለከዊነ ትስብእት ወትስብእትኒ ለከዊነ	16 ናይ ቀስጥንጥንያ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ዮሓንስ ውን፥ 'እቲ ዘይውሰንን ዘይልወጥን እሙን ሓቀኛ ፀሓይ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃደረ። ከመይ ኢሉ ከምዝኃደረ ኣይንመራመር። እቲ ኵሉ ዝኽእል እግዚኣብሔር ከምቲ ዝፈተዎ ኵሉ ስለዝገብር፡ ዋላ ሓደ ኣይሰኣኖን እዩ እሞ፥ ንሱ ብፍቓዱ ወሪዱ ንኵሉ ፍጥረት ኣድኃነ። ኣምላኽ እንከለሎ ሰብ ኮነ። ናትና ሕማም ሓመመ። ስለዚ ኸኣ መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን፡ ሥጋ ውን ናብ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን። ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ዝነበረ እግዚኣብሔር ቃል እዩ እሞ ንሱ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝነበሮ

ዘዮሐንስ ም፡ ፲፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
መለኮት እስመ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወውእቱሂ ይሄሉ በከመ ኮነ ቀዲሙ ወኢይትዌለጥ ለብሰ ሥጋ በእንቲአነ ከመ ይቤዝወነ ወያንሥአነ እምድቀትነ ዘወደቅነ ባቲ ወበጻሕነ ለንጉል ወለሙስና። ሉቃ ፩፡፴፯።፪ቆሮ ፲፫፡፫።	ብባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር እምበር ኣይልወጥን እዩ። ንከድኅነና፡ ካብቲ ንጥፍኣትን ሞትን በጺሕና ተታኒዝናሉ ዝነበረና ፍዳ ኃጥኣትና ውን ኸውጽኣና ምእንታና ሰብ ኮነ። ሉቃ 1፡37። 2ይ ቆሮ 13፡3።
፲፯ ወቅዱስሂ ጴጥሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘለእስክንድርያ ዘኮነ ሰማዕተ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ቃል ሠምረ ይኩን ሰብአ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል በከመ ይቤላ ገብርኤል መልአክ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኀይለ ልዑል የኃድር ውስተ ከርሥኪ።ሉቃ ፩፡፴፭።	17 መከራ ዝተቐበለ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ጴጥሮስ ውን፥ “እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ሰብ ንክኸውን ፈተወ። ከምቲ እቲ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል 'መንፈስ ቅዱስ ኪኃድረኪ እዩ ኃይለ ልዑል ወልድ ውን ኣብ ማኅፀንኪ ኪኃድር እዩ” ዝበላ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃደረ' በለ። ሉቃ 1፡36።
፲፰ ወነርኅርዮስኒ ቴዎኅሎስ ይቤ እመቦ ዘኢየአምን ከመ እግዝእትነ ቅድስት ማርያም ድንግል ይእቲ ወላዲተ አምላክ ቃል ዘበአማን ውጉዘ ለይኩን ወርሑቅ ውእቱ እምእግዚአብሔር።	18 ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ኅርኅርዮስ ውን፥ እመቤትና ድንግል ማርያም ብሓቂ ወላዲት ኣምላኽ ቃል ከምዝኾነት ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን፡ ካብ እግዚኣብሔር ውን ርሑቕ እዩ ።
፲፱ ወነርኅርዮስኒ ኤጲስ ቆጶስ ዘኑሲስ ይቤ ንሕነሰ ነአምን እስመ ክርስቶስ ኃይሉ ውእቱ ለእግዚአብሔር አብ ወጥበቡ ውእቱሰ ኢይትመየጥ ወኢይትዌለጥ ወሶበሂ ኃደረ በዘይትዌለጥ ወይትመየጠ ወይማስን ውእቱሰ ኢተወለጠ ወኢተመይጠ ኢረስሐ ወኢማሰነ አላ አንጽሖ ለዘይረስሕ ወረሰዮ ዘኢይማስን።	19 ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ኅርኅርዮስ ድማ ከምዚ በለ፥ ' ንሕናስ ክርስቶስ ናይ እግዚኣብሔር አብ ጥበቡ ኃይሉ ስለዝኾነ፡ ንሱ ፈጺሙ ከምዘይልወጥ ንኣምን። ኣብ ዝልወጥን ዝፈርስን ዝብስብስን ሥጋ እኳ እንተኃደረ ንሱስ ባህሪኡ ኣይገደፈን ኣይተለወጠን፡ ኑቲ ኃጢኣት ዝሰማምየ ደኣ ኣንጽሖን ዘይልወጥ ገበሮን እምበር ኃጢኣት ኣይተረኽቦን፡ ሙስና መቓብር ውን ኣይረኽቦን።
፳ ወቅዱስሂ ቄርሎስ ይቤ እስመ ጥበብ ተወልደ በሥጋ እንዘ ኢይትዌለጥ እምህላዌ መለኮቱ ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ እንዘ ለሊሁ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር አብ ሰማያዊ ዘበአማን ወበእንተ ሕማማቲሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ይቤሉ አበዊነ ቅዱሳን ወእምኔሆሙ ኅርኅርዮስ ነባቤ መለኮት ይቤ በድርሳኑ ዘተናገረ በእንተ ሕማማቲሁ ለእግዚእነ ክርስቶስ ኢትትዐቀፍ በሕሊናከ ሶበ	20 ቅዱስ ቄርሎስ ውን፥ 'ጥበብ ቃል ካብ ባህርየ መለኮቱ ከይተለወጠ ብሥጋ ተወልደ። ንሱ ሰማያዊ ወዲ አብ ክኸውን ከሎ ብዘይካ ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሕ መሰለና' በለ። ብዛዕባ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነገረ ሕማሙ ቅዱሳን ኣቦታትና ተዛሪቦም እዮም። ሓደ ካብኣም ከኣ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ኅርኅርዮስ ኣብቲ ናይ ጐይታና ክርስቶስ ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ ፥

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯ ዘዮሐንስ ም፡ 107

ትሰምዕ ድካሞ ለእግዚአብሔር ወሕማማቲሁ ወሞቶ ወኢትትሀወክ ዘከመ አንተ ትፈቅድ ትኩን ጽዱቀ በጎበ እግዚአብሔር ወባሕቱ እንበለ ምክንያት ብላዕ ሥጋሁ ለክርስቶስ ወሰተይ ደሞ ዘእንበለ ዕቅፍት እመ ኮንክ ትፈቅድ ወትፈቱ ሕይወተ ዘለዓለም። ፩ቆሮ ፲፩፣፳፯-፴

፳፭ ወዓዲ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ይብል እመቦ ዘይቤ ካልእ ውእቱ ዘሐመ ወካልኡ ውእቱ ኢሐማሚ ወኢይትአመን ከመ እግዚአብሔር ውእቱ ቃል ዘኢየሐምም በመለኮቱ ወሐመ በሥጋ ውጉዘ ለይኩን ወቅዱስኒ ባስልዮስ ይቤ እስመ አምላክ ኮሉ ሞተ በሥጋ ዘከመ ሞትነ ወወሀበ ሕይወተ ለኮሉ ሰብእ ወቅዱስሂ ሚሊጦን ኤጲስ ቆጶስ ዘቲካ ይቤ እስመ ዘሣረራ ለምድር ተሰቅለ ዲበ ዕፀ መስቀል ወሞተ በእንቲአነ ከመ ያሕይወነ።

፳፮ ወቴዎንሎስሂ ይቤ ፈቀደ ከመ እግዚአብሔር ይሠገው ወይሕምም ወይሙት በእንቲአነ ከመ ንሕየው ንሕነ በሞተ ዚአሁ ወይደልዎሙኬ ዓዲ ለኮሎሙ ፍጡራን ከመ ይሕምሙ ወይሙቱ ምስለ ፈጣሪሆሙ ወካዕበ ይቤ እመቦ ዘኢየአምን ወኢይሰግድ በዘተሰቅለ ውጉዘ ለይኩን።

፳፫ ወዮሐንስኒ አፈወርቅ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ቡሩክ ፈቀደ ወሠምረ ከመ ይኩን ሰብአ ይሕምም ወይሰቀል ወይሙት ወይትነሣእ ወናሁ ተከሥተ ለነ ስምዐ ሃይማኖት ርትዕት በብሥራቱ ለገብርኤል መልአክ ዘአብሠራ ለድንግል ወበዘተነበዩ ነቢያት ወሰበኩ ሐዋርያት ወአግህድዎ መምህራን እለ ዘከርነ አስማቲሆሙ በውስተ መጽሐፍነ ዛቲ እስመ መፍቅድነሰ ተሰናዕዎተ ፪ቱ መናብርት ዘውእቶሙ መንበረ ማርቆስ ወመንበረ ጴጥሮስ ወፈድፋደሰ ተሰናዕዎተ እሉ አኃው መሢሓውያን እለ አጽንዑ ሃይማኖተ ርትዕተ።

፳፬ ወንትዌከፍ ዓዲ ቃለ አበው እለ ተጋደሉ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት ወፈድፋደሰ ዘንተ ፫ት ጉባኤያተ እሙራነ እለ አጽንዑ ሃይማኖተ ርትዕተ ወጽድቀተ ወ፩ዱ ጉባኤ እምኔሆሙ ዘኮነ በሀገረ ኒቅያ እለ ተጋብኡ በመንፈስ ቅዱስ ወአውገዝዎ ለአርዮስ ዕልው

ናይ እግዚአብሔር ድኻሙን ሕማሙን ሞቱን ኣብ እተሰምዓሉ ጊዜ ብልብኻ ኣይትጠራጠር። ከምኡ ውን ብእግዚአብሔር ጻድቕ ኽትከውን እንተደሊኻ ኣይትተሃወኽ። ነታ ዘይትኃልፍ ሕይወት (መንግሥተ ሰማያት) እንተደሊኻ ግና ምኽንያት ከየብዛኻ ናይ ክርስቶስ ሥጋኡ ብላዕ ከይተጠራጠርካ ውን ደሙ ሰተ። 1ይቆሮ11፣24-30።

21 ከምኡ'ውን ገባሬ ተኣምራት ቅዱስ ጎርጎርዮስ 'እቲ ዝሓመመ ካልእ እዩ፡ እቲ ዘይሓምም ከኣ ካልእ እዩ ዝብል፣ ብመለኮቱ ሕማምን ሞትን ዘይብሉ እግዚአብሔር ቃል ብሥጋ ከምዝሓመመ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን' ይብል። ቅዱስ ባስልዮስ ውን 'እቲ ናይ ኮሉ ፈጣሪ ከም ናትና ሞት ብሥጋ ሞይቱ ንኹሉ ሕይወት ሃበ' በለ። ናይ ቲካ ኤጲስቆጶስ ቀሱስ ሚሊጦን ድማ 'እቲ ንምድሪ ዝፈጠረ ኣብ መስቀል ተሰቒለ ንከድኅነና ውን ምእንታና ሞተ' በለ።

22 ቴዎንሎስ ድማ 'ንሕና ብናቱ ሞት ንክንድኅን እግዚአብሔር ሰብ ኮይኑ ምእንታና ክሓምምን ክመውትን ፈተወ' በለ። ከምኡ'ውን እዞም ኮሎም ፍጡራን ከም ፈጣሪኣም ክሓሙን ክሞቱን ይግብኦም'በለ። ደጊሙ ኸኣ 'ቡቲ ዝተሰቒለ ዘይኣምንን ዘይሰግድ እንተሎ ውጉዝ ይኹን' በለ።

23. ዮሓንስ ኣፈወርቅ ኸኣ 'እቲ ምስጉን እግዚአብሔር ሰብ ክኸውን፡ ክሓምምን ክሰቀልን ክመውትን ክትን/ሥእን ፈተወ' በለ። ምስክርነት ናይ ቅንዕቲ ሃይማኖት፡ ቡቲ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ንድንግል ዘበሠራ ብሥራት፣ ነቢያት ብዝተናገርዎ ትንቢት፣ ከምኡ ውን ሓዋርያት ብዝመሃርዎ ትምህርቲ እንሆ ተረዳእና። እቶም ኣብዛ መጽሓፍና ኣስማቶም ዝጠቐስናዮም መምህራን ውን ገለጽዎ። ናትና ድሌት ሓድነት ናይ ክልተ መናብርት ማለት ናይ መንበረ ማርቆስን መንበረ ጴጥሮስን እዩ። ብዝያዳ ድማ ናይዞም ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዘጽንዑ ክርስቲያን ኣኀዋት ሓድነት እዩ።

24. ከምኡ ውን ትምህርቲ ናይዞም ስለ እዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት መከራ ዝተቐበሉ ኣቦታት ንቐበል ኢና። ብዝያዳ ድማ ነዛ ርድእትን ቅንዕትን ሃይማኖት ዘጽንዑ ነዞም ፍሉጣት ሠለስተ ጉባኤያት ንቐበል ኢና። ሓደ ካብኦም ኣብ ሃገር ኒቅያ ዝተቓንዐ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተኣከቡ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯	ዘዮሐንስ ም፡ 107
ወርጉም ወአውደቅዎ ወካልእሂ ጉባኤ እለ ተጋብኡ በሀገረ ቍስጥንጥንያ ወአውደቅዎ ለመቅዶንዮስ ዕልው ዘፀረፈ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ወሣልስሂ ጉባኤ ዘተጋብኡ በሀገረ ኤፌሶን ምስለ ብፁዕ ወዐቢይ ቂርሎስ ወአውደቅዎሙ ለንስጥሮስ ወለኮሎሙ ዐላውያን።	ሊቃውንት ንኽሓዲ ርጉም ኣርዮስ ኣውጊዞም ዝፈለዩሉ ጉባኤ እዩ። እቲ ካልኣይ ጉባኤ ኸኣ ኣብ ቍስጥንጥንያ ተጋቢኡም ነቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዝኸሓደ መናፍቕ መቕደንዮስ ኣውጊዞም ዝፈለዩ እዩ። ሣልሳይ ጉባኤ ድማ ኣብ ኤፌሶን ምስቲ ዓቢይ ቅዱስ ቂርሎስ ተጋቢኦም ንንስጥሮስን ካልኦት ኮሎም መናፍቃንን ኣውጊዞም ዝፈለዩ እዩ።
፸፭ ወዓዲ ንትዌከፍ አበወ ክቡራነ ወትሩፋነ እለ ተጋደሉ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት ወእምኔሆሙ ብፁዕ አትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘለእስክንድርያ ወጴጥሮስኒ ዘተከለለ በስምዕ ወቴዎፍሎስ ዘአብርሀ ዓለመ ወቂርሎስ መምህር ዓቢይ ወክቡር ወጢሞቴዎስ ዐቢይ ወዲዮስቆሮስ ተጋዳሊ ለአጽንዖ ሃይማኖት ወአቡሊዲስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ ወቅዱስ ባስልዮስ።	25. ካልኣይ ብዛዕባ ሃይማኖት መከራ ዝተቐበሉ ፍጹማን ክቡራን ንኣቦታት ንቐበል ኢና። ካብዚኣቶም ድማ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ብፁዕ ኣትናቴዎስ ብሰማዕትነት ዝሞተ ጴጥሮስ ብትምህርቱ ንዓለም ፈላጥ ዝነበረ ቴዎፍሎስ ዐቢይ መምህር ቂርሎስ ዐቢይ ጢሞቴዎስ ዝቐንዔት ሃይማኖት ንምጽናዕ መከራ ዝተቐበለ ዲዮስቆሮስ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡሊስን ቅዱስ ባስልዮስን እዮም።
፸፮ ወነገርነዮስ ገባሬ ተአምራት ወመንክራት ወነርነርዮስ ቴዎንሎስ ወነርነርዮስ ዘኑሲስ ወቅዱስ ማሪ ኤፍሬም ወቅዱስ ማር ሳዊሮስ መምህር ዐቢይ ወቅዱስ ማር ያዕቆብ ወኮሉ ዘጎበረ ምስሌሆሙ ወተሰነዐወ ላዕለ ርትዕት ሃይማኖት ወአጽንዑ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ዘእግዚእነ ክርስቶስ እንተ ተሣየጣ በደሙ ክቡር በከመ ንቤ ለእሉ ኮሎሙ አበው ንጹሓን ንስማዕ ቃላቲሆሙ ጽድቀተ ወንትሉ አሠሮሙ ብርህተ ወቅድስተ።	26. ብዙና ተኣምራትን ግሩም መንክራትን ሥራሕ ዝሠርሐ ነርነርዮስ ቴዎንሎስ ዝተባህለ ነርነርዮስ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ነርነርዮስ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ቅዱስ ኤፍሬም ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ቅዱስ ያዕቆብን በዛ ዝቐንዔት ሃይማኖት ምስኣም ሓደ ዝኾነ ዝተሓባበረ ኮሉ እዩ። ብዝኾበረ ደሙ ዝዓደጋ ብጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመነት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዘጽንዑ እዮም። ኣቐዲምና ኮሉ ዝተናገርናዮ ናይ እዚኣቶም ናይ ንጹሓን ቅዱሳን ኣቦታት ኮሎም ዝተረድኡት ትምህርቶም ንስማዕ ዝኾበረት ዝተፈልጠት ግብሮም ውን ንኃንዝ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፸፯ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገረ አንጾኪያ ኀበ አባ ዘካርያስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለእስክንድርያ አውሥኡተ መልእክቱ ኀቤሁ ነአምን ከመ ቃል አምላክ እምእግዚአብሔር ቅዱስ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ወረደ እምሰማይ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ ወተሠገወ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወንጽሕት ዘእንበለ ውላጤ ወነሥአ እምኔሃ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወከነ ሰብአ ፍጹመ ዘበአማን ዘእንበለ ፍልጠት ወሚጠት።	27. ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣባ ዮሐንስ ናብኡ ልኢክዎ ንዝነበረ መልእኽቲ መልሲ ገሩ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ናብ ኣባ ዘካርያስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ዝተረክበ ብኣካል ዝተፈልየ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ኣምላኽ ቃል ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ንዓና ንምድኃን ካብ ሰማይ ወረደ። ብዘይ ምልዋጥ ንጽሕት ካብ ዝኾነት ካብ እመቤታችን ቅድስት ድንግል ማርያምሰብ ከምዝኾነ ለባዊት ነባቢ ሕያዊት ነፍስ ዘላቶ ሥጋ ካብኣ ወሲዱ ብዘይ ምፍላይ ብዘይ ምልዋጥ ብሓቂ ፍጹም ሰብ ኮነ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፯ ፡ ዘዘካርያስ ም፡ ፻፷

፷፯ ወሐመ በሕማምነ ወፈጸመ ኮሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ አኮ ዘንቤ በሕሊና ዘይስሕት ወይትዐቀፍ አላ ነአምን እሙነ በከመ ጸሐፈ ዮሐንስ ወንጌላዊ እንዘ ይብል እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኃደረ ላዕሌነ ወዘንቱ ውእቱ ሶበ ነሥአ አርአያ ንብር ኮነ ምስለ እጓለ እመ ሕያው ለአሠንዮ ሕይወቶሙ ወፈጽሞ ሥርዐተ መድኃኒቶሙ እንዘ ፭ዱ ውእቱ እም፪ቱ ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት።

፷፰ ወበእንተ ዝንቱ ንብል ፭ዱ እግዚእ ወፈዱ መሢሕ ወፈዱ አካል ወፈዱ ገጽ ወፈዱ ህላዌ ወውእቱ ቃል እግዚአብሔር ዘተሠገወ።

፷፱ ወከመዝ ውእቱ እምነትነ ዘከሠትናሁ ለከ አ ቅዱሱ ለእግዚአብሔር አ እጉ ፍቁር ዘለንዕው በሥጋ ወነፍስ ወበሕሊና ዘሠረቀ በትምህርተ ሐዋርያዊት ወሥርው ሠናይ እንተ ዘመድኃኒት ወመራሔ ሃይማኖት ፍጽምት ወምሥዋርት ውተወልዶ ልደት ሠናይት እንተ ታዔርየነ ወታስተዋሕደነ በምሥጢረ አምልኮ ፍጽምት ወክብርት ወሐመር ህድእት እንተ ኢትትሃወክ እሞገደ ማዕበላት ወታብጽሕ ውስተ መርሶ መድኃኒት ዘምልእት ፍሥሓ ወተድላ ወዕንቁ ክብርት እንተ አልባቲ ነውር ዙበዙኅ ሜጣ ወስብሐት ለእግዚአብሔር እስከ ለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፷ ፡ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ አባ ዘካርያስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ወግብጽ ኀበ አቡነ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ አውሥኦተ መልእክት ዘተፈነወ እምኀቤሁ ነአምን በእግዚአብሔር አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፭ዱ ህላዌ ወአሐቲ ክብር ወአሐቲ መንግሥት።

፪ አብሰ ወላዲ ውእቱ ወኢተወላዲ ወባሕቱ ወልድ ተወልደ ባሕቲቱ እምአብ ቅድመ መንፈስ ቅዱስ ሠረጸ እምአብ ወዕሩይ ምስለ አብ ወወልድ በቅድምና ወምልክና ወሥልጣን ወበክሂል ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት ቅድስት ሥላሴ ኅቡራነ መለኮት እለ ርሑቃን እምኵሉ ዓቅም ወኑልቀ።

ዘዮሐንስ ም፡ 107 ፡ ዘዘካርያስ ም፡ 108

28. ናትና ሕማም ሓመመ፡ ብዘይካ ኃጢኣት ኮሉ ናትና ሥራሕ ሠርሐ። ከምቲ ወንጌላዊ ዮሓንስ 'ቃል ሥጋ ኮነ ኣባና ውን ኃደረ' ኢሉ ዝጸሓፎ ብሓቂ ንኣምን ደኣ እምበር ብዝጠራጠርን ብዝኽሕድን ሕሊና እንዛረቦ ኣይኮነን። ናይ ግዙእ ባህርይ ገንዘብ ምስ ገበረ፡ ካብ ክልተ ማለት መለኮትን ትስብእትን ሓደ ኮይኑ ሕይወት ንክህቦምን፡ ዝድኅኑሉ ሕማምን ሞትን ንኽፍጽመሎምን ንሰብ መሰለ።

29. ስለዚ ኽኣ እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል፡ ሓደ ጐይታ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ እዩ ንብል።

30. ኦ ብነፍሰን ብሥጋን ብሕሊናን ፍጹም ዝኾንካ፡ ካብ ሓዋርያት ዝተረኽበ ትምህርቲ ብምስትምሃር ዝተፈለጥካን ነታ ድኅነት ዝርከበላ ወንጌል እትምህርን ሠናይ ኣቦ! ናብታ ፍትውቲ ፍጽምቲ ሃይማኖት፡ በታ ክብርትን ፍጽምትን ዝኾነት ምሥጢረ ኣምልኾ ሓደ ናብ እትገብረና ሠናይ ውልድነት እትመርሕ፤ ናብታ ብክሕደት መናፍቓን ዘይትናወጽ ህድእቲ ዝኾነት ፍጹም ተድላን ሓጕስን ዝመልኣትን ድኅነት ዝርከበላን ናብ መንግሥተ ሰማያት እተብጽሕ መርከብ፤ ናብታ ብዙኅ ዝዋጋኣ ነዊረ ኾነ ነቑፋ ዘይብላ ዕንቁ ዝኾነት ሃይማኖት እትመርሕ ዝተፈቶኻ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ኃዊ! እቲ ዝገለጽናልካ ሃይማኖት እዚ እዩ። ንእግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ ንዘለዓለም ዓለም፡ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 108 ክፍሊ 1

1. ካብ ናይ እስክንድርያን ግብጽን ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ዘካርያስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ዮሓንስ መልሲ ናይቲ ዝለኣኹሉ መልእኽቲ፡ ቡቲ ብኣካልን ብገጽን ሠለስቲ፡ ከምኡ ውን ሓደ ባህርይ ሓንቲ ክብሪ ሓንቲ መንግሥቲ ብዝኾነ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ተባሂሉ ብዘጽዋዕ **እግዚኣብሔር** ንኣምን።

2. **አብ** ወላዲ እዩ እምበር ተወላዲ ኣይኮነን። ወልድ ግና ቀዳምን ሰዓብን ከይሃለዎ ቅድመ ዓለም በይኑ ካብ **አብ** ተወልደ። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ሠረፀ፡ ብቅድምና ብኣገዛዝኣ ብሥልጣን ብከሃሊነት ንኹሉ ፍጥረት ብምፍጣር ምስ **አብን** ወልድን ሓደ እዩ። ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ካብ ኵሉ ምውሳንን ሕጊ ቀጽርን ዝረሓቑ እዮም።

ዘዘካርያስ ም፥ ፲፰

፫ ወኢይቀድም ፩ዱ እምካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ አላ ህልዋን ወጽኑዓን በ፩ዱ መለኮት በ፩ዱ መን ግሥት ወአሐቲ ሥልጣን ወ፩ዱ ምግባር ወአሐቲ ሥምረት ወ፩ዱ ፈቃድ ወአሐቲ ሰግደት ወ፩ዱ አምልኮ እንተ ዘ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ተዋሕዶ ፍጹም በሥላሴ ወሥላሴ ፍጹም በተዋሕዶ።

፬ በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ተዋሕዶ በሥላሴ ፍጹም ወሥላሴ በተዋሕዶ ፍጹም ንሰግድ ሎሙ አሐተ ሰግደተ ፫ቱ አካላት እለ ዕሩያን በክብር ወበቅድምና ወበሰብሐት ዘኢይትነገር ኢፍጡራን ወኢግቡራን አላ እሙንቱ ፈጣርያነ ኵሉ ፍጥረት ወአምጻእያኒሆሙ እምኀበ ኢሀልዎ ኀበ ሀልዎ ኀቡራነ ህላዌ ወሥልጣን ኢይትፈለጡ ወኢይትከፈሉ በዅሉ ግብር እምነ ግብራት።

፭ ነአምን ወንትአመን ወንሰብክ ከመ እግዚአብሔር አብ ባሕቲቱ ኢተወልደ ወአልቦቱ ጥንት ለሕይወቱ ኢይትመየጥ ወኢይትዌለጥ ወኢይመውት እስከ ለዓለም አልቦ ጉልቍ ለመዋዕሊሁ ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ ወኢዐቅም ለመለኮቱ ገባሬ ኵሉ ወፈጣሬ ኵሉ ዘያስተርኢ አብ ፩ዱ ውእቱ ለወልዱ ዋሕድ እግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘቦቱ ፈጠረ ሰማያተ ወምድረ ወኵሎ ዘውስቴቶሙ። ዘፍ ፩፡፩።መዝ ፻፬(፻፫)፡፲፪-፲፯።ሚል ፫፡፮። ቆላ ፩ ፲፮።

፮ ነአምን ዓዲ ወንትአምን ከመ ፩ዱ አካል እም፫ቱ አካላት ዘእምቅድስት ሥላሴ ፍጹም ዘአልቦ ጥንት ወኢተፍጻሜት ዘኢይትረከብ በንባብ ወበልቡና ወበሕሊና አላ ይትሌዐል እምልቡና መዋቲ ወኢይትከሀለነ ንሕትት ዘከመ እፎ ውእቱ ህላዌሁ ለመለኮት ወዘከመ እፎ ውእቱ ህላዌሁ ለመለኮት ወዘከመ እፎ ውእቱ ለሊሁ አምላክ ቃል ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ አዝማን ወመዋዕል ዘዕሩይ ምስሌሁ በቅድምና ወበህልዎ።

፯ ወውእቱ ወልድ ዘበአማን ወአምላክ ዘበአማን በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማይ በደኃሪ መዋዕል እንዘ ኢይትፋለስ ወኢይትፈለጥ እምሕፅነ አቡሁ ወእንዘ ኢይከውን እስትግቡአ ወዝንበ ኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ቅድስት ማርያም እግዝእትነ ወተወልደ እምኔሃ ልደተ ዘይትሌዐል እምሕሊና ወይትዐጾ እምልቡና ወዘርሑቅ እምነ ደነስ።

ዘዘካርያስ ም፥ 108

3. **አብ** ካብ ወልድ ኣይቀድምን፥ ወልድ ውን ካብ መንፈስ ቅዱስ ኣይቀድምን። ቡቲ ናይ ሠለስተ ኣካላትን ናይ ሠለስተ ገጻትን ዝኾነ ብሓደ መለኮት፡ ብሓደ መንግሥቲ፡ ብሓደ ሥልጣን፡ ብሓደ ሥራሕ፡ ብሓደ ጎብረት፡ ብሓደ ፍቓድ፡ ብሓንቲ ስግደትን ብሓንቲ ኣምልኾን ጸኒያም ዘለዉ እዮም እምበር። ፍጹም ሓድነት ኣብ ሠለስትነት፡ ፍጹም ሠለስትነት ድማ ኣብ ሓድነት ኣሎ።

4. ከምቲ እቲ ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተዛረበ ጎርጎርዮስ፦ 'ሓድነት ብፍጹም ሠለስትነት፡ ሠለስትነት ድማ ብፍጹም ሓድነት ኣሎ' ዝበሎ እዩ። ሓንቲ ስግደት ንሰግደሎም። እዞም ብዘይምርመር ጉይትነትን ብቅድምናን ብኽብርን ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ንኵሉ ፍጥረት ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዘምጽኡን ዝፈጠሩን እዮም እምበር ብፍጹም ኣይተፈጥሩን። ብባህርይ ብሥልጣን ሓደ እዮም። ብዝኾነ ዓይነት ሥራሕ ኣይክፈሉን ኣይፈላለዩን እዮም።

5. እግዚኣብሔር **አብ**፡ኣቦ ከምዘይብሉን ከምዘይተወልደን ንምርካቡ ውን ጥንቲ ከምዘይብሉ ንኣምን፡ ንተኣማመንን ንሰብኽን። ኣይልወጥን ኣይናወጽን እዩ። ንዘለዓለም ሞት የብሉን፡ ንዘመኑ ውን ቀጽሪ የብሉን፡ ንመንግሥቱ ድማ ፍጻሜ የብሉን፡ ንኣገዛዝኡ ውን ወሰን የብሉን፡ ንኵሉ ዝገበረ፡ ንኵሉ ንዝረአን ንዘይረአን ዝፈጠረ እዩ። ናይቲ ንኵሉ ሰማይን ምድርን ኣብ ውሽጦም ዘለውን ዝፈጠረሉ ሓደ ወዱ፡ ፈጣሪናን ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ኣቦ እዩ። ዘፍ. 1፡1። መዝ. 74 (73)፡ 12-17። ሚል. 3፡6። ቁላ. 1፡16።

6. ከምኡ ውን እቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል፡ ንዘመኑ ጥንት ንህልውናኡ ፍጻሜ ዘይብሉ ከምዝኾነ፡ ብቓል ዘይንገር፡ ብልቢ ኮነ ሕሊና ዘይምርመር፡ ብናይ መዋቲ ሰብ ልቡና ካብ ምምርማር ዝረሓቐ ፍጹም ከምዝኾነ ነኣምንን ንተኣማመን። ባህርየ መለኮት ከመይ ከምዝኾነ፡ ቅድሚ ዓለምን ዓለም ኣኀሊፉን ብምንባር ምስኡ ሓደ ዝኾነ፡ ቅድሚ ዕለትን ዘመንን ካብ **አብ** ዝተወልደ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ንሱ ኣምላኽ ቃል ውን ከመይ ከምዝኾነ ክንምርምር ኣይከኣለናን እዩ።

7. ናይ ባህርይ ወልድ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ ምእንታና ንኣና ንምድኃን ኣብ ዳኅራይ ዘመን ከይተለወጠን ካብ ሓድነት ኣቦኡ ከይተፈልየን ካብ ሰማይ ወሪዱ ሕፀፅ ኮነ ውሳኔ ከይሃለዎ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ኀደረ። ቡቲ ልዕሊ ሓሳብ ሕሊናን ምርምር ልቡናን ካብ ብዘርኢ ምውላድ ዝረሓቐን ልደት ካብኣ ተወልደ።

ዘዘካርያስ ም፥ ፻፷	ዘዘካርያስ ም፥ 108
፷ እስመ ይእቲሰ እንከ በብሥራተ ገብርኤል መልአክ በጸጋ መንፈስ ቅዱስ ፀንሰቶ ወወለደቶ ወተቀደሰት ቦቱ ወነሥአ እምኔሃ አካለ ሥጋዊ ዘቦቱ ነፍሰ ነባቢት ወለባዊት ኢያምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ አላ ነሥአ ሎቱ ሥጋ እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም ወበእንተ ዝንቱ ቃል ሥጋ ኮነ እንዘ ኢይፈልሰ እምህላዌሁ ለከዊነ ነፍሰ ወሥጋ።	8. እምበኣር ንሳ ብብሥራት መልኣኽ፡ ብለውሃት መንፈስ ቅዱስ ፀኒሳ ወለደቶ። ንእኡ ብምውላዳ ውን ከበረት። ነባቢትን ለባዊትን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋዊ ኣካል ካብኣ ወሰደ። ካብ ዘርኢ ዳዊትን ኣብርሃምን ሥጋ ወሲዱ ተዋሓደ ደኣ እምበር ሥጋ ካብ ሰማይ ኣየምጽኣን። ስለዚ ድማ ቃል ናብ ነፍሰን ሥጋን ምኻን፡ ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ሰብ ኮነ።
፷፩ ወኢኮነ ሎቱ ሥጋ እምቀዲሙ ከመ ይኅድር ውስቴቱ በከመ ይቤ ድያድርስ ዐላዊ ወባሕቱ ተዋሐደ ቦቱ በፈጸዱ ህላዌ መለኮታዊ ወኮነ ፭ደ አካለ ወ፭ደ ገጸ ወ፭ደ ህላዌ ምስለ ሥጋ በተዋሕዶ ከመ ተዋሕዶተ ብርሃን ምስለ ዓይን ወሰሚዕ ምስለ እዝን ወጸዳል ምስለ ፀሐይ ወዋዕይ ምስለ እሳት እስመ ዘይትሌዐል እምኮሉ ኀደረ በትሐት ወዘኢይትገመር ኀደረ በዘይትገመር እስመ ረቂቅኒ ዘኢያገምሮ ምንትኒ ወለሊሁ ዘያገምር ኮሎ ተዋሐደ በገዚፍ ወኮነ ፭ደ ምስሌሁ።	9. ከምቲ ኩሓዲ ድያድርስ ዝበሎ፡ ቃል ምእንቲ ክዋሓዶ ሥጋ ብቅድምና ኣይነበረን። እኳ ደኣ ሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ገይሩ ተዋሓዶ። ምስ ሥጋ ብምዋሓዱ ውን ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ኮነ ። ከምቲ ብርሃን ምስ ዓይኒ፡ ምስማዕ ምስ እዝኒ ዝዋሓድ ንሥጋ ብምውሕሓድ፣ ከምቲ ፀዳል ካብ ፀሓይ፡ ዋዒ ካብ እሳት ዘይፍለ ውን እንከይተፈልየ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ኮነ። እቲ ልዕሊ ኮሉ ዝኾነ መለኮት ንትሑት ሥጋ፡ እቲ ዘይውሰን መለኮት ንዝውሰን ሥጋ ስለዝተዋሓደ፣ እቲ ምንም ዝውሰኖ ዘይብሉ ንኮሉ ዝውሰን ረቂቕ ንሱ ግዙፍ ሥጋ ተዋሒዱ ምስኡ ሓደ ኾነ።
፷፪ ወኢኮነ ዝንቱ ተዋሕዶ በፍናወ ተወሳክ ወኢበገጸ ተሳትፎ እንተ ይእቲ ትድምርት ከመ ሑሰት ዘግቡር እንተ አልባቲ ርትዐት ወቁመት ወዳእሙ ተወክፈ አርአያ እንበለ ውላጤ ወእንበለ ተፋልሶ ወኢትድምርት ወዘእንበለ ዘርኢ ብእሲ ወዘእንበለ ተፈልጦ እምነ ሥጋ ነፍሳዊ ዘነሥአ እምኔነ።	10. እዚ ተዋሕዶ'ዚ ብናይ ጎድረት ሓድነትን ብናይ ምትሕውዋስ ሥራሕን ዝኾነ ኣይኮነን። እዚኣ ድማ ከም ማይ ከም ፀባ ምትሕውዋስ ዘለዋ ምጽናዕ፡ ምቅናዕ ዘይብላ ምትሕውዋስ እያ። ግናኸ እንከይተለወጠን ባህሪኡ ከይኃደገን ከይተሓዋወሰን ዘርኢ ሰብኣይ ምኽንያት ከይኮነን፡ ከምኡ ውን ካባና ካብ ዝወሰዶ ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ እንከይተፈልየ ናትና ባህርይ ገንዘብ ገበረ ።
፷፫ ወለሊሁ ውእቱ ዘተወልደ እምአብ አምላክ እንበለ ጕልቈ ዘመን ወወሰን ወበደኃሪ መዋዕል ተወክፈ ልደተ ዕጓለ እመሕያዊ ወበእንተ ዝንቱ ኢማሰነ ድንግልናሃ ለወላዲቱ በልደቱ እምኔሃ ወህሉት ይእቲ በድንግልናሃ ዘከመ ነበረት እምቅድመ ትለዶ ወበከመ ኢተወለጠ መለኮቱ በከዊናቱ ሰብእ ከማሁ ለድንግልሂ ኢተወለጠ ማኅተመ ድንግልናሃ እምድኅረ ፀአተ ሕፃን እምኔሃ።	11. ዘመን ከይተቁጽረሉ ዘመን ከይወሰኖ ካብ **ኣብ** ዝተወልደ ቡቲ ዳኅራይ ዘመን ውን ንሰብ ዝግባእ ልደት ዝተወልደ ኣምላክ ንሱ እዩ። ኣምላኽ ስለዝኾነ ካብኣ ብምውላዱ ድንግልና ኣዲኡ ኣይተለወጠን። ከምቲ ቅድሚ ምውላዳ ዝነበረቶ ብድንግልና ጸኒዓ ዘላ እያ። ከምቲ ሰብ ብምኻኑ መለኮቱ ዘይተለወጠ ከምኡ ድማ ንሱ ሕፃን ክርስቶስ ካብኣ ድኅሪ ምውላዱ ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን።
፷፬ ወበእንተ ዝንቱ ወላዲተ እግዚአብሔር ይእቲ ዘበአማን ወዘተወልደ እምኔሃ አምላክ ፍጹም ውእቱ ዘተዋሐደ ብእሲ ፍጹም ፭ዱ መሢሕ ወ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካል እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ እምኔሃ ወኢወሰከ በጕልቈ ሥላሴ አካለ ራብዐየ በእንተ ዘለበሰ ሥጋነ ውእቱሰ ዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ መለኮት ወይትዔረየነ ለነ በትስብእት ወኢፈለሰ ህላዌ ሥጋ ኀበ ህላዌ መለኮት ገብረ መንክራተ በመለኮቱ ወሐመ ሕማመ ዚአነ በትስብእቱ።	12. ምእንት'ዚ ድማ ንሳ ወላዲት ኣምላኽ እያ፡ እቲ ካብኣ ዝተወልደ ኸኣ ፍጹም ነፍስን ሥጋን ዝተዋሓደ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ካብኣ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ መሢሕ ሓደ ባሕርይ ሓደ ኣካል እዩ። ሥጋና ስለዝተዋሓደ ኣብ ልዕሊ ሠለስትነት ራብዓይ ኣካል ኣይወሰኸን። ንሱ ብባህርየ መለኮት ምስ **ኣብ** ሓደ እዩ ሰብ ብምኻኑ ድማ ምሳና ሓደ እዩ። እቲ ባህርየ ሥጋ ናብ ባህርየ መለኮት ኣይተለወጠን። ቡቲ ኣምላኽነቱ ተኣምራት ገበረ፡ ቡቲ ሰብነቱ ድማ ናትና ሕማም ሓመመ።

ዘዘካርያስ ም፥ ፲፫	ዘዘካርያስ ም፥ 108
፲፫ በከመ ይቤ ዮሐንስ ሐዋርያ ወንጌላዊ እስመ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ ወዓዲ ይቤ ጳውሎስ ሐዋርያ እስመ ደቂቅ ተሳተፋ በሥጋ ወደምም ወከመዝ ተመሰሎሙ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ያብጥል በሞቱ ሥልጣነ ሞት ወከመ ያግዕዘነ እምተቀንዮ ለሰይጣን ወየሀበነ ሕይወተ ዘለዓለም። ዮሐ ፩፡፲፬። ዕብ ፪፡፲፬።	13. ወንጌላዊ ዮሓንስ ‘ቃል ሥጋ ኾነ ኣባና ውን ኀደረ’ ከምዝበለ፡ ከምኡ ውን ሓዋርያ ጳውሎስ፡ ‘እቶም ውሉድ ብሥጋን ደምን ካብ ዝሓበሩ፡ ብሞቱ ነቲ ሥልጣን ሞት ንኸጥፍእ ከምኡ ውን ባርያ ሰይጣን ካብ ምኾን ናፃ ንኸውፅኣናን ናይ ዘለዓለም ድኅነት ንኽህበናን ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ንእኡም መሰለ’ በለ። ዮሓ. 1፡14። ዕብ. 2፡14።
፲፬ ሶበሰ ኢተሳተፈነ በትሰብእቱ ወበተሠግዎቱ ሐማሚ እምኢክህለ ላዕሌሁ ሕማም ረኪቦቶ በህላዌ መለኮቱ ወባሕቱ ሐመ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ እስመ መለኮትሰ ልዑል ወነኪር እምዝንቱ ወኢይቀርቦ ሕማም ወሞት ለግሙራ ወለሊሁ ሥሉጥ ላዕሌሆሙ በኀይለ መለኮቱ ወውእቱ ያሕምሞ ለሕማም ወያማስን ሥልጣነ ሞት ወባሕቱ ዘንተ ኵሎ ተወክፈ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወተዋሐደ ምስሌነ እንዘ ኢይትፈለጥ መለኮቱ እምትሰብእቱ ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲኣነ በሥጋ ወውእቱ ሕያው በመንፈስ። ፩ጴጥ ፫፡፲፰።	14. ቡቲ ሕማም ዝሰማምዖ ሰብኣቱን ሰብ ምኾኑን እንተዘይመሰለና ነይሩሰ፡ ብባህርየ መለኮቱ ሕማም ከረኽቦ ኣይምኽኣለን ነይሩ። እኳ ደኣ ቡቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ። መለኮትሲ ካብዚ ፈጺሙ ዝረሓቐ እዩ፡ ሕማምን ሞትን ፈጺሙ ኣይረኽቦን እዩ። ብሥልጣነ ጕይትነቱ ንሱ የጥፍኦም፡ ንሱ ንሕማም ይሰዕሮ፡ ንሥልጣን ሞት ውን የጥፍኦ እዩ። እንተኾነ ግና ነዚ ኵሉ ቡቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ናቱ ገበረ። መለኮቱ ካብ ትሰብእቱ ከይተፈልየ ምሳና ሓደ ኾነ። ስለዚ ድማ ሓዋርያ ጴጥሮስ፡ ‘ምእንታና ብሥጋ ሓመመ፡ ብመለኮት ግና ሕያው ኮነ’ በለ። 1ይ ጴጥ. 3፡19።
፲፭ ወከመዝ ዓዲ መሀረነ አባ አትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ዐቢይ ዘእለ እስክንድርያ እንዘ ይብል ሶበ ሐመ እግዚአብሔር ቃል በሥጋ ኢተፈልጠ እምኔሁ መለኮት ወቅዱሰሰ አግናጥዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወልደ ሐዋርያት ንጹሐን ይብል በመልእክቱ እንተ ጸሐፋ ወፈነዋ ኀበ ሀገረ ሮምያ ኀድጉኒ ይእዜ እትመሰሎ በሕማም ወምንዳቤ ለአምላኪየ።	15. ከምኡ ውን እቲ ዓቢይ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ኣትናቴዎስ፡ ‘እግዚአብሔር ቃል ብሥጋ ምስ ሓመመ፡ መለኮት ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን’ ብምባል ከምዚ ኢሉ መሃረና። ናይ ንጹሓን ሓዋርያት ወደ መዝሙር ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣግናጥዮስ ውን ናብ ሮማ ጽሒፉ ኣብ ዝለኣኻ መልእኽቱ፡ ‘ሕጂ ንፈጣሪየይ ክርስቶስ ብሕማምን መከራን ንኪመስሎ ጎደጉኒ’ ይብል።
፲፮. ወዓዲ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ቴዎንሎስ በድርሳኑ በእንተ ሕማሙ ለእግዚእነ ክርስቶስ ንሕነሰ ፈቀድነ ከመ እግዚአብሔር ቃል ይሙት በእንቲኣነ ከመ ንሕየዉ በሞተ ዚኣሁ ወበሕይወቱ ወበከመ ተሰደድነ ወሞትነ ምስሌሁ ተሰባሕነ ምስሌሁ ወተንሣእነ በትንሣኤሁ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ እንተ ፈነዋ ኀበ አቅላንድዮስ እመቦ ዘኢየአምን ወኢይሰግድ ለዘተሰቅለ በእንቲኣነ ውጉዝ ለይኩን።	16. ከምኡ ውን እቲ ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ ውን ናይ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተገለጸሉ ድርሳኑ፡ ‘ንሕናስ ብናቱ ሞትን ትንሣኤኡን ምእንቲ ክንድሃን፡ እግዚአብሔር ቃል ምእንታና ብሥጋ ንኽመውት ፈተወ። ከምቲ ንእኡ ኣብነት ጌርና መከራ ዝተቐበልናን ዝሞትናን ብናቱ ክብሪ ከበርና። ብትንሣኤኡ ውን ተንሣእና’ በለ። ከምኡ ውን ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ‘ነቲ ምእንታና ዝተሰቐለ፡ ዘይኣምንን ዘይሰግድን እንተሎ ውጉዝ ይኹን’ በለ።

ዘዘካርያስ ም፥ ፲፰	ዘዘካርያስ ም፥ 108
፲፯. ወየሐንስኒ አፈ ወርቅ ይቤ እግዚአብሔር ዘኢያስተርኢ ወዘኢየአምር መኑሂ ብርሃኖ ወዘኢይትነገር ዘከመ እፎ ውእቱ ተሰቅለ ወተኩነነ በእንቲአነ ከመ ይቤዝወነ ወእንዘ ባዕል ውእቱ አንደየ ርእሶ በእንቲአነ ከመ ይሚጠነ ኀበ ዘቀዳሚ ርስትነ ወቅዱስሂ ማሪ ኤፍሬም ይብል በመጽሐፉ ዘይሰመይ መርጋሪዳስ ዘበትርጓሜሁ ዕንቍ ሐሰ ለከ ትበል አው እበል አነ ከመ እግዚአብሔር ቃል ሐመ በህላዌ መለኮቱ ወሐሰ ሊተ እበል ከመ አድኅነ ብእሲ ዕሩቅ ፍጡራን።	17. ኣፈ ወርቅ ዝተባህለ ዮሓንስ ውን ‘ እቲ ዘይረአ ንባህሪኡ ድማ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ፡ ከመይ ከምዝኾነ ዘይንገር እግዚኣብሔር፡ ተሰቒሉ ምእንቲ ከድኖኡና ምእንታና ንኽመውት ተፈርደ። ናብቲ ዝቐደመ ርስትና (ገነት) ንኽመልሰና፡ ጐይታ ክብሪ እንከሎ ንርእሱ ድኻ ገበረ’ በለ። ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኤፍሬም ውን ኣብቲ ‘መርጋሪዳስ’ ማለት ትርጕሙ ‘ዕንቂ’ ዝበሃል መጽሓፉ፡ “እግዚኣብሔር ቃል ብባህርየ መለኮቱ ሓሚሙ እዩ’ ኢልካ ኽትዛረብ ኣይግብኣካን እዩ፣ ንኣይ ውን ኣይግብኣንን እዩ። ‘ዕሩቕ ብእሲ ንፍጡራን ኣድኃነ’ ኢለ ክዛረብ ውን ኣይግብኣንን እዩ” ይበል።
፲፰ ወቅዱስሂ ኤራቅሊስ ዘፈለሰ እምኪስኪስ ኀበ ቀኑጥንጥንያ ይብል በድርሳኑ በእንተ ልደቱ ለክርስቶስ እንዘ ህልው ውእቱ ውስተ ሕፅነ አቡሁ በአርያም ህልው ውእቱ ውስተ ከርሠ ድንግል በተዋሕዶ ወለሊሁ ፩ዱ ውእቱ እንዘ ሀሎ ይሴባሕ እምነ መላእክት ውስተ ሉዐሌ ሰማያት ወበምድርኒ ውእቱ ሕቁፍ በሕፅነ ድንግል ዘሱራፌል ኢይክሉ ነጽሮተ ገጹ ቅድመ ጲላጦስ መስፍን ቆመ ለተሐቶ ከመ ዘእቡስ ንብር እኩይ አጽንዐ እዴሁ ወጸፍአ ገጸ ፈጣሪሁ ዘይርዕዱ ኵሉ ፍጥረት እምኔሁ ወዘይነብር መልዕልተ አርያም ተሰቅለ ዲበ ዕፀ መስቀል ከመ ያዐቅ ወያጠይቅ በዘንቱ ወይክሥቶ ለነ ከመ ፩ዱ ወልድ ዋሕድ ውእቱ።	18. ካብ ኪስኪስ ናብ ቀኑጥንጥንያ ዝኸደ ቅዱስ ኤራቅሊስ ውን ናይ ክርስቶስ ነገረ ልደቱ ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ፡ ‘ኣብ ልዕልና ማዕረ ኣቦኡ እንከሎ፡ ብተዋሕዶ ኣብ ማኀፀን ድንግል ተወሲኑ ኣሎ፡ ንሱ ሓደ እዩ። ኣብ ልዑል ሰማይ ብመላእኽቲ ክምሰገን እንከሎ፡ ኣብ ምድሪ ድማ ኣብ ሕቑፊ ድንግል ተወሲኑ ተታኃዘ። እቲ ሱራፌል ገጹ ክርእዩ ዘይከኣሎም ንሱ ከም በደለኛ ንክምርመር ኣብ ቅድሚ እቲ መስፍን ጲላጦስ ደው በለ። እቲ ክፋእ ባርያ ኸኣ ገጽ ናይቲ ኮሉ ፍጥረት ካብ ግርማኡ ዝተላዕለ ዝንቀዋቀዋሉ ፈጣሪ ጸፍዕ። በዚ ድማ ንሱ እቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ ንክገልጸልናን ንኸረድኣናን ንኸፍልጠናን ኣብ ልዕልና ዝነብር ንሱ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ’ በለ።
፲፱ ጳውሎስኒ ሐዋርያ ይቤ ሶበሰ አእመርዎ ከመ ውእቱ እግዚእ ስብሐት እምኢሰቀልዎ ወእምነ እሉ ከሚቶታት ወስምዓት ጽዱቃት እንተ ዘአበው ንጹሓን ነአምን ወንትአመን ከመ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ በመለኮቱ ሉዐላዊት ወበትስብእቱ ትሕት ምድራዊት እንበለ ተፈልጦ ሎቱ ስብሐት እስከ ለዓለም። ፩ ቀሮ ፪፡፳። መዝ ፷፱(፷፰)፡፳። ሉቃ ፷፫፡፴፬። ያዕ ፪፡፩።	19. ሓዋርያ ጳውሎስ ውን፡ ‘እንተ ዝፈልጥዎስ ኑቲ ጐይታ ክብሪ ኣይሰቐልዎን ነይሮም’ በለ። በዞም ንጹሓን ኣበው ዝጠቐሰዎም ርዱኣት ምስክራትን ኣገላልጻታትን፡ ክርስቶስ ቡቲ ልዑል ባህሪኡን ካብ ምድሪ ብዝተረኽበ ትሑት ባህሪኡን ምፍልላይ ዘይብሉ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን ንተኣማመን ኣሎና፡ ክሳዕ ዘለዓለም ክብርን ምስጋና ንእኡ ይኹን። 1ይ ቀሮ. 2፡8። መዝ. 24(23)፡8። ሉቃ. 23፡34, ያዕ. 2፡1።
፳ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ዘሠረጸ እምአብ ወዘሰንዕው ምስለ አብ ወወልድ ወቦቱ አካል ፍጹም ከመ አብ ወወልድ በከመ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘደሰያት እስመ አብ ህልው በአካሉ ወበገጹ ወወልድሂ ህልው	20. በቲ ካብ **አብ** ዝሠረፀ፡ ምስ **አብን** ወልድን ማዕረ ዝኾነ፡ ከም **አብን** ወልድን ፍጹም ኣካል ዘለዎ **መንፈስ ቅዱስ** ከኣ ንኣምን። ከምቲ ናይተን ደሴታት ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝበሎ፡ **አብ** ብኣካሉ ብገጹ ጸኒዑ ዘሎ እዩ። ወልድ ውን ከም

ዘዘካርያስ ም፥ ፱፤	ዘዘካርያስ ም፥ 108
ከማሁ በአካሉ ወበገጹ ወመንፈስ ቅዱስሂ ህልው በአካሉ ወበገጹ ወዓዲ ነአምን በመንፈስ ቅዱስ ከም ውእቱ ዕሩይ ምስለ አብ ወወልድ ወአኮ ነኪር ውእቱ እምህላዌ መለኮተ አብ ወወልድ ሐሰ።	አብ ብአካሉ ብገጹ ጸኒዑ ዘሎ እዩ። ዳግማይ ውን መንፈስ ቅዱስ ምስ አብን ወልድን ማዕረ ከምዝኾነ፡ ካብ መለኮታዊ ባህርይ ናይ አብን ወልድን ፍሉይ ከምዘይኮነ ንኣምን። 'ዝተፈልየ እዩ' ምባል ኣይግባእን እዩ።
፸፩ ወባሕቱ ነአምሮ ለአብ ከመ ኢተወላዲ ውእቱ ወወልድሂ ተወላዲ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስሂ ዘሠረጸ እምአብ ወዕሩይ ምስሌሆሙ በህላዌ ወበስብሐት ወዓዲ ነአምን ቦቱ ከመ ውእቱ መንፈስ እግዚአብሔር በከመ ኮነ ሎቱ ስምዐ አምላክ ቃል ጊዜ ከሠተ ግብሮ ለአርዳኢሁ እንዘ ይብል እፈኑ ለክሙ ጸራቅሊጦስሃ መንፈስ ጽድቅ እምአብ ዘይወፅእ ወውእቱ ይነግረክሙ ኵሎ ወበዘንቱ ንባብ አጠየቀ ከመ ውእቱ ኢይትፈለጥ እመለኮተ አብ ወወልድ። የሐ ፲፭፡፳፮። ፲፮፡፯-፲፬።	21. አብ ዝተወልደ ከምዘይኮነ ንፈልጦ ኢና። ወልድ ግና ተወላዲ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብ አብ ዝሠረፀ እዩ፡ ብባህርይን ብጉይትነትን ምስ አብን ወልድን ማዕረ እዩ፡ ንሱ እስትንፋስ እግዚአብሔር ከምዝኾነ ኸኣ ንእምን። ከምቲ ኣምላኽ ቃል ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣምላኽነቱ ኣብ ዝገለጸሉ ጊዜ፡ 'ነቲ ካብ አብ ዝሠረፀ፡ ባህርያዊ ኣካላዊ እስትንፋስ ጸራቅሊጦስ ክሰደልኩም እየ፡ ንሱ ኸኣ ኵሉ ክነግረኩም እዩ' ብምባል ዝመስከሮ እዩ። በዚ ኣበሃህላ እዚ ድማ ንሱ ካብ ባህርይ አብን ወልድን ከምዘይፍለ ኣረድኣ። ዮሓ. 15፡26። 16፡7-19።
፸፪ ሥላሴ ህልዋን እንበለ ተፈልጦ በ፩ዱ መለኮት ወበአሐቲ መንግሥት ወበ፩ዱ ስባሔ ተዋሕዶ በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ወነአምን በዝንቱ ኵሉ በሕሊና ጽድቅ ወበልብ ንጹሕ ወጽሩይ።	22. ሥላሴ ከይተፈላለዩ ብሓደ መለኮት ብሓንቲ መንግሥቲ ብሓደ ክብሪ ጸኒያም ይነብሩ። ሓድነት ኣብ ሠለስትነት ከምኡ ውን ሠለስትነት ኣብ ሓድነት ኣሎ። በዚ ኵሉ ድማ ብርዱእ ፍልጠትን ቅኑዕ ንጹሕ ብዝኾነ ልቡናን ንኣምን።
፸፫ ወዓዲ ንትአመን ቦሙ በቃል ወበምግባር እምነተ ጽድቀተ ወናስተብቍዕ ኀቤሆሙ ከመ ያፈድፍዱ አእምሮቶሙ ዲቤነ ወከመ ይኩኑነ መራሕያነ ፍኖት ርትዕት ከመ ንርከብ ፍኖተ እንተ ትወስድ ለገቢረ ሠናይ ዘንትዌደስ ባቲ በደኃሪትነ ወከመ ይሕንፁ ደኃሪተነ በሠናይ ሕንፃ ላዕለ መሠረት ጽኑዕ ዘኢያንቀለቅል እንተ ይእቲ ሕንፃ መምህራን ትሩፋን ወባቲ ናጽንዕ ሃይማኖተነ እስከ ተፍጻሚተ ሕይወትነ ለእግዚእነ ሎቱ ስብሐት እስከ ለዓለመ ዓለም አሜን።	23. ከምኡ ውን ነታ ርድእቲ ሓቂኛ ሃይማኖት ብቓልን ብግብርን ብእኣም ንኣምን ኢና። ፍልጠቶም ኣባና ንክጎድሩ ናብኣም ንምጎፀን። ኣብ ፍጻሜ ዘመንና እተመስግነና ሠናይ ግብሪ ንምሥራሕ እተብቕዕ መንገዲ ንምርካብ ናብታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንኽመርሑናን፣ መወዳእታና ኣብ ልዕሊ ዘይናወጽ ጽኑዕ ሃይማኖት ዝተመሥረተ ሠናይ ምግባር ንከጽንዑናን ናብኣም ንምጎፀን። እዚኣ እታ ፍጹማን መምህራን ዝመሃርዋ ትምህርቲ እያ። ክሳዕ ፍጻሜ ዘመንና ንሃይማኖትና ብእኣ ነጽንዕ። ንጉይታና ክብሪ ምስጋና ይብጽሓዮ፡ አሜን።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፸፬ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ አባ ዘካርያስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ኀበ አቡነ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ በ፱ቱ፱ወ፫ቱ እምዓመተ ሰማዕታት ንሕነሰ ይእዜ ነአምን በ፩ዱ አፍ እንበለ ተፈልጦ ወኢተሌልዮ በኃይሉ ወበረድኤቱ ለእግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	24. ሰማዕታት ብዝተላዕሉ ብትሽዓተ ምእትን ሠለስተን ዓመት ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ዘካርያስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ 8 ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዮሓንስ ጽሒፉ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ንሕናስ ሎሚ ብጉይታና ብፈጣሪና ብመድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጋዝነትን ከሃሊነትን ብዘይ ምፍልላይ ብዘይ ምክፍፋል ሓደ ልቢ ሓደ ኣፍ ኮይንና ነኣምን ኢና።

ዘዘካርያስ ም፥ ፪፭	ዘዘካርያስ ም፥ 108
፳፭ ወነአምን ዓዲ በጥበብ ወበሕሊና በፅዱ አምላክ አብ አኃዜ ኵሉ ወፈጣሬ ኵሉ ፍጥረታት ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ወበወልዱ ዋሕድ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወመንፈስ ቅዱስ እግዚእነ ወሀቤ ሕይወት ሥላሴ እለ ዕሩያን በአካላት በፅዱ ክብር ወበፅዱ መለኮት ወበፅዱ ህላዌ እንበለ ተፈልጦ ወኢተሌልዮ ፫ቱ አካላት ንጹሐን እንዘ ፅዱ አምላክ በገቢር ወኃይል ፅዱ መንግሥት ወአሐቲ ምክር ወአሐቲ ሰባሔ ወፅዱ ምልክና ወፅዱ ህሉና ወፅዱ ሥልጣን ወፅዱ እግዚእነ ዘ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	25. ከምኡ ውን ብጥበብን ፍልጠትን ጸኒዕና በቲ ንኹሉ ዝኾነ ዘይርአን ዘይርአን ፍጥረታት ዝፈጠረን ንኹሉ ዝገዝእን ሓደ ኣምላኽ **አብ**፣ በቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ከምኡ ድማ በቲ ሕይወት ዝዕድል ጐይታና መንፈስ ቅዱስ ንኣምን። ሥላሴ ብሓደ ክብሪ ብሓደ መለኮት ብሓደ ባህርይ ፍጹም ብዘይ ምፍልላይ ሓደ ዝኾኑ፣ ንጹሓነ ባህርይ ሠለስተ ኣካላት እዮም። ፍጥረት ብምፍጣርን ብከሃሊነትን ሓደ ኣምላኽ ክኾውን ከሎ፣ ናይ ሠለስተ ኣካላትን ሠለስተ ገጻትን ጐይትነት ሓደ እዩ፣ ሥልጣኖም ሓደ እዩ፣ ኣነባብርኦም ሓደ እዩ፣ ኣገዛዝኦም ሓደ እዩ፣ ክብሮም ሓንቲ እያ፣ ምኽሮም ውን ሓንቲ እያ፣ መንግሥቶም ሓደ እዩ፣ እዚኣቶም ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።
፳፮ እስመ ለተዋሕዶተ መንፈስ ቅዱስ በመለኮት ምስለ አብ ወወልድ ለሊሁ እግዚእነ ክርስቶስ ከሠቶ ለነ በወንጌሉ ቅዱስ ጎበ ይብል አነ እስእሎ ለአቡየ ከመ ይፈኑ ለክሙ ጸራቂሊጦስሃ ዘውእቱ ካልእ አካል ዘከማየ ይትጎፈሩ እንከሰ ዝየ ይእዜ አብስልዲስ ወመቅዶንዮስ እለ ኢይሁቡ ክብረ ወስብሐተ ለመንፈስ ቅዱስ እስመ ብሂልሰ ካልእ ዘከማየ ይከሥት ለነ ፍልጠተ አካላት ውብሂለ ቃልሂ እፈኑ ለክሙ ጸራቂሊጦስሃ እምዚአየ ይነሥእ ወይነግረክሙ ይሜህረነ በዝንቱ ሱታፌ ተዋሕዶተ መለኮት ወዝንቱሰ ቃል ይዘልፎሙ ለሰባልዮሳውያን ወለአርዮሳውያን ዐላውያን ተቃራንያነ ሥሉስ ቅዱስ እለ ዕሩያን በመለኮት።	26. መንፈስ ቅዱስ ምስ **አብን** ወልድን ሓደ ምኻኑ፡ ኣብ ቅዱስ ወንጌሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ‘ከማይ ካልእ ብኣካል ፍሉይ ዝኾነ ጸራቂሊጦስ ምእንቲ ኽሰደልኩም ኣነ ነቦይ ክልምኖ እየ’ ብምባል ገሊጹልና እዩ። እምበኣር እቶም ንመንፈስ ቅዱስ ክብርን ምስጋናን ዘየቕርቡ መቅደንዮስን ኣብስልዲስን ሕጂ ይጎፈሩ። ‘ከማይ ካልእ’ ምባሉ ናይ ኣካላት ሠለስትነት የረድኤ። ከምኡ ውን እቲ ኣካላዊ ቃል፣ ‘ንጸራቂሊጦስ ክሰደልኩም እየ፣ ነቲ ቃልነት ካባይ ወሲዱ ውን ክነግረኩም እየ’ ምባሉ በዚ ነቲ ኣብ ሓድነት መለኮት ንዘሎ ሓድነት ይምህረና። ከምኡ ውን እዚ ቃል እዚ ነቶም ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ሥሉስ ቅዱስ ዝቃወሙ ሰዓብቲ ኣርዮስን ሰባልዮስን መናፍቓን ይዘልፎም።
፳፯ ንሕነሰ ነአምን ቦሙ ወንሴብሖሙ አሐተ ሰባሔ ወናመልኮሙ እንበለ ሌልዮ በፅዱ መለኮት ወበአሐቲ ስግደት ወእለሰ ይፈልጥዎሙ ለሥሉስ ቅዱስ ወይሴብሑ ካልአ አምላከ እምዝንቱ ወይት አመኑ ነኪራን ወውጉዛን እሙንቱ ወምኑናን በነቢኔ።	27. ንሕና ግና ንኣምኖም ኢና። ሓንቲ ምስጋና ነመስግኖም፣ ብሓደ መለኮት ብዘይምፍላይ ነምልኾም፡ ሓንቲ ስግደት ንሰግደሎም። እቶም ነዞም ሠለስተ ኣካላት ብምብልላጽ ዝኾፋፍልዎምን፡ ብዘይ እዚ ንካልእ ኣምላኽ ዘምልኹን ዝኣምኑን ግና ብማኅበርና ተወጊዞም ዝተፈልዩ ዝተጸልኡ እዮም።
፳፰ ወይእዜኒ ይደልወነኬ ከመ ንትናገር በእንተ ትሥጉቱ ለመድኃኔ ዓለም ዘውእቱ ፅዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘኢፍጡር ወኢግቡር ወኢፍሉጥ እመለኮተ አቡሁ እግዚአብሔር ቃል አምላክ ንሕነሰ ክርስቶሳውያን ነአምን እንበለ ጽንት ወኢተወላውሎ በወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ ዘአልቦቱ ጥንት ቃለ እግዚአብሔር አብ ዘዕሩይ በመለኮቱ ዘኢይትገመር ወልድ ዋሕድ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ዘተወልደ እምአብ በደኃሪ መዋዕል በእንቲአነ ወበእንተ መድኃኒትነ ተወልደ	28. ሕጂ ውን ብዛዕባ ናይ መድኃኔ ዓለም ሰብ ምኻን ክንዛረብ ይግብኣና። ንሱ ድማ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል፡ ዘይተፈጥረ፡ ካብ ባህርይ ኣቦኡ ዘይተፈልየ ኣምላኽ ቃል እዩ። ንሕና ክርስቲያን ግና ብዘይ ጥርጥርን ውልውልን በቲ ጥንቲ ዘይብሉ ቀዳማዊ ወልድ ዋሕድ ንኣምን። ቃል እግዚኣብሔር **አብ** ብዘይውሰን ጐይትነቱ ምስ **አብ** ማዕረ እዩ። ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ ካብ **አብ** ዝተወልደ ወልድ ዋሕድ ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ምእንታና ንኣና ንምድኃን ብዘይ ምልዋጥ ካብ እመ ቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ። ከምቲ ሓዋርያ

ዘዘካርያስ ም፥ ፪፭	ዘዘካርያስ ም፥ 108
እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም እንበለ ውላጤ በከመ መህረነ ቅዱስ ጳውሎስ ሐዋርያ እንዘ ይብል ወሶበ ቀርበ ተፍጻሜተ ዘመን ፈነወ እግዚአብሔር ወልዶ ወተወልደ እምብእሲት ወኮነ ምስሌነ ። ገላ ፬፡፬ ።	ቅዱስ ጳውሎስ፥ 'እቲ ናይ ዘመን ፍጻሜ ምስ በጽሐ እግዚአብሔር ንወዱ ለእኾ፡ ካብ ድንግል ተወልደ ሥራሕ ሰብነት ውን ሠርሐ' ክብል ዝመሃረና እዩ። ገላ. 4፡4 ።
፳፱ ውእቱሰ ወልደ እግዚአብሔር በመንፈስ ወወልደ ዕጓለ እመሕያው በሥጋ ወኢንበ ለዝንቱ ወልድ ዋሕድ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት ለ፩ዱ ዘንሰግድ ሎቱ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ ሎቱ ወባሕቱ ንብል በእንቲአሁ ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ እንበለ ተፈልጦ ወንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	29. ንሱስ ብመለኮት ወዲ እግዚአብሔር እዩ፣ ብሥጋ ወዲ ኣዳም እዩ። ነዚ ሓደ ወልድ ነቲ ሓደ ዝሰገደሉ ነቲ ሓደ ኽኣ ዘይሰገደሉ ክልተ ባህርይ ኣለዎ ኣይንብልን። ብዛዕባኡ ክንዛረብ ከሎና 'ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ብዘይምንክፋል ሓደ ባህርይ እዩ ንብል፣ ካብ ሥጋኡ ከይፈለና ውን ሓንቲ ሰግደት ንሰግድ እምበር።
፴ ወቅዱስሂ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ ይብል ከመዝ ኢኮነ ፪ቱ ፩ዱ አምላክ ዘንሰግድ ሎቱ ወካልኡ ብእሲ ዘእማርያም ዘኢንሰግድ ሎቱ ወባሕቱ ዘእምእግዚአብሔር ውእቱ እግዚአብሔር ወወልደ እግዚአብሔር ወአኮ ውእቱ ፩ዱ ምስለ ካልኡ ወባሕቱ ፩ዱ ወልድ ውእቱ ዘተወልደ ቅድመ እምአብ ወበደኃሪ መዋዕል ተወልደ እምእግ ዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም።	30. ሓዋርያ ቅዱስ ኣትናቴዎስ 'ነቲ ሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሰግደሉ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብ ድንግል ማርያም ዝተረኽበ ዘይንሰግደሉ ዕሩቕ ብእሲ እዩ ተባሂሉ ናብ ክልተ ዝኽፈል ክልተ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ካብ እግዚአብሔር ዝተረኽበ እግዚአብሔር ወዲ እግዚአብሔር ውን እዩ። እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ብኀበረት ከምዝኸበር ኣይኮነን። እኳ ደኣ ቀድሚ ዓለም ካብ አቡ ድኀሪ ዓለም ድማ ካብ እመ ቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ንሱ ሓደ ወልድ እዩ።
፴፩ በከመ ትቤሎ ለገብርኤል መልአክ ንጽሕት ድንግል በዝሉ ጊዜ ወላዲተ አምላክ ማርያም እፎኑ ይከውነኒ ዝንቱ እንዘ ኢየአምር ብእሴ አውሥኣ መልኣክ ወይቤላ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኀይለ ልዑል ይጼልለኪ ወዘኒ ይትወለድ እምኔኪ ቅዱስ ውእቱ ወይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ልዑል ዝንቱ ቃል ወልዱ ወአርኣያ አኀሉ ለእግዚአብሔር አብ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ።	31. ብዅሉ ጊዜ ንጽሕት ድንግል ዝኾነት ወላዲት አምላኽ ማርያም ንቅዱስ ገብርኤል፥ 'ሰብኣይ ከይፈለጥኩ እዚ ከመይ ጌሩ ክኾነለይ ይኽእል፧' እንተበለቶ ንሱ መሊሱ 'መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ፡ ናይ አብ ኃይሉ (ወልድ) ከጽንዓኪ እዩ፡ እቲ ካባኺ ዝውለድ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ ወዲ ልዑል እግዚአብሔር ውን ይበሃል' በላ። እዚ ቃል እዚ ንእግዚአብሔር አብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻከሎ ወዱ እዩ። ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ሰብ ኮነ።
፴፪ ወነሥኢ እምኔሃ ሥጋ ዘይትዔረየነ ወዘየሐምም ከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት እንዘ ይትዋሐድ ምስሌሁ መለኮት ወውእቱ ወልዱ ዋሕድ ለእግዚአብሔር አብ በመለኮቱ ወወልደ ዕጓለ እመሕያው በሥጋ ኢያምጽአ ሥጋ ምስሌሁ እምሰማይ እምህላዌ መለኮቱ አላ ነሥአ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ንብል እንከሰ እሰመ ውእቱ ገብረ ኃይላተ ወመንክራተ በመለኮቱ ወሐመ በሕማመ	32. ነቲ ለባዊትን ነባቢትን ነፍሰ ዘለዎ፡ መለኮት ተዋሒድዋ ከሎ ንኣና ዝመስልን ከማና ዝሓምምን ሥጋ ካብኣ ወሰደ። ብመለኮቱ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወዲ እግዚአብሔር አብ እዩ። ብሥጋ ድማ ወዲ ኣዳም እዩ። ካብ እመ ቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ወሰደ እምበር፡ ብባህርየ መለኮቱ ንሥጋ ካብ ሰማይ ኣይመጽኣን። እምበኣር ኣምላኽ ብምኻኑ ተኣምራት ከምዝገበረ፡ ሰብ ብምኻኑ ናትና መከራ ከምዝተቐበለ ንዛረብ ኣሎና። ነዚ ክንብል ከሎና ንሥጋ ካብ መለኮት

ዘዘካርያስ ም፡ ፻፷ ፡ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱

ዚአነ በትሰብእቱ ወሶበ ንቤ ዘንተ ኢይምሰልክሙ ዘንፈልጦ ለትሰብእት እምነ መለኮት ሐሰ ወኢይደሉ ይክፍልዎ ለፅዱ ጎበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢጎበ ፪ቱ አካላት ወኢጎበ ፪ቱ ገጻት ወኢጎበ ፪ቱ ፈቃድ ወኢንቤ እሰመ ህላዌ መለኮት ይገብር ግብረ መለኮት ወትሰብእት ይገብር ግብረ ትሰብእት እሰሰ ይብሉ ከመዝ ውጉዛን እሙንቱ ወውጹኣን እምትምህርተ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኣሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።

፴፫ ወባሕቱ ንሕነሰ ነአምን ወንትአመን በፅዱ አካል ወፅዱ መሢሕ ወፅዱ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወኢንሴብሕ ፪ተ ህላዌ ከመ ዐላውያን ወባሕቱ ንትአመን ከመ እምነተ አበዊነ ቅዱሳን ርቱዓነ ሃይማኖት እለ ርዕዩ ቤተ ክርስቲያኑ ለእግዚአብሔር በርትዕ ወበጽድቅ ዘንተ ንቤ በአኀጽሮ በእንተ አምላክነ ወዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ርትዕት ኦርቶዶክሳዊት እንተ ኢትጸንን ወእንተ ኢታንቀለቅል ወዘንቱ ውእቱ ተሰፋ ጽኑዕ ወእምነት ርቱዕ እስከ ደኃሪ ዓለም።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፱ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአብ ንጹሕ አባ ሱኑትዩ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ወግብጽ ጎበ አባ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ አውሥኦተ መልእክቱ ዘተፈነወት ጎቤሁ በ፷ቱ ፻ት ፱ ወ ፪ቱ እምዓመተ ሰማዕታት ንጹሓን ንሕነሰ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ በተዋሕዶ ቅዱሳን ዕሩያን በመለኮት ወዕሩያን በሰባሔ ወበተሰግዶ ወኢፍጡራን አላ እሙንቱ ፈጣርያን ወቀዳማውያን።

፪ ወአልቦሙ ጥንት ወኢተፍጻሜት ገባርያነ ኵሉ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ኃይል ከሃሊ ዘኢይክል መኑሂ ተቃውሞቶ ሠራዕያነ ኵሉ ፍጥረታት ዘሥጋ ወነፍስ ዘመልዕልት ወዘመትሕት ቀዳማውያን እሙንቱ ወአልቦ ዘቀደሞሙ ምንትኒ እሰመ ህላውያነ ጥንት ውበሉያነ መዋዕል እሙንቱ ወአኀዝያነ ኵሉ ወአልቦ ምክንያተ ቃል ለህላዌሆሙ።

ዘዘካርያስ ም፡ 108 ፡ ዘሱኑትዩ ም፡ 109

ዝፈለናዮ ኣይምሰልኩም። ተፈልዩ ኣይንብልን። ኑቲ ሓደ ናብ ክልተ ባህርይ፡ ናብ ክልተ ኣካል፡ ናብ ክልተ ገጽን ናብ ክልተ ፍቓድን ክኸፍልዎ ኣይግባእን። ናይ መለኮት ባህርይ ሥራሕ ኣምላኽነት ይሠርሕ፡ ናይ ሥጋ ባህርይ ድማ ሥራሕ ሥጋ ይሠርሕ ኣይንብልን ኢና። እዞም ከምዚ ዚብሉ ካብታ ሓዋርያት ዝኣኩብዋ ሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝወጽኡ ስለዝኾኑ ውጉዛት እዮም።

33. ንሕና ግና ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል፡ ሓደ ኣካል ሓደ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ብፍጹም ንኣምን። ከምቶም መናፍቓን ውን ንክልተ ባህርይ ኣይነመስግንን። እኳ ደኣ ከምቲ እቶም ንቤተ ክርስቲያን እግዚኣብሔር ብሓቅን ቅንዕናን ዝሓለዋ ርቱዓነ ሃይማኖት ቅዱሳን ኣቦታትና ዝኣመንዎ ንኣምን። ብዛዕባ ፈጣሪና ብሓጺሩ ነዚ ተዛረብና። እታ ጥርጥር ዘይብላን ዘይትናወፅን ቅንዕቲ ኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት እዚኣ እያ። ክሳዕ ዝመጽእ ዓለም እቲ ቅኑዕ ሃይማኖትን ጽኑዕ ተስፋን እዚ እዩ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 109 ክፍሊ 1

1. ናይ እስክንድርያን ግብጽን ሊቀ ጳጳሳት ንጹሕ ኣቦ ኣባ ሱኑትዩ፡ ነታ ኣብ 752 ዓመት ካብ ንጹሓን ሰማዕታት መከራ ዝተቐበሉ (ዘመነ ሰማዕታት) ዝተላእኸትሉ መልእኽቲ መልሲ ሂቡ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ዲዮናስዮስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ ንሕናስ **ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንኣምን ኢና። ሥላሴ ብሓድነት ይምስገኑ፡ ብመለኮት ውን ሓደ እዮም። ብምስጋና ብስግደት ሓደ እዮም። ፈጣርያንን ብቅድምና ዝነበሩን እዮም እምበር ፍጡራን ኣይኮኑን ።
2. ጥንቲ ፍጻሜ የብሎምን፣ ንኾሉ ዝረአን ዘይረአን ዝፈጠሩ እዮም። ማንም ክቃወሞ ዘይክእል ንኾሉ ዚኽእል ኃይሊ እዩ። ነቶም ብሥጋን ነፍስን፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ኮሎም ፍጥረታት ወሲኖም ዘንብሩ እዮም። ቀዳማውያን እዮም፡ ሓደ እኳ ዝቕድሞም የልቦን። ኣቐዲሞም ዝነበሩ፡ ክንድ'ዚ ዝኣኽል ዘመን ገይሮም ዘይበሃሉ ንኾሉ ፈጢሮም ዝገዝኡ ስለዝኾኑ፡ ነቲ ህልውናኦም ምርካቦም ዝንገር ምኽንያት የልቦን።

ዘሱኑትዩ ም፡ ያፀ	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
፫ ያገምሩ ኮሎ ወአልቦ መኑሂ ዘያገምሮሙ ብርሃናት ቀዳማውያት ዘኢየአምር መኑሂ ዘከመ እፎ ውእቱ ክዋኔሆሙ ወኢያገምሮሙ ልቡና ወኢያስተጋብአሙ ሕሊና ይሬእዩ ኮሎ ወኢያስተርእዩ ወአልቦ ዘይትማሰሎሙ ወይት ዔረዮሙ ሕያዋን እሙንቱ እለ ኢይመውቱ ወኢይትዌለጡ ርኁቃን እምነ ኮሉ ወቅሩባን ለኮሉ ለባውያን ወማእምራን ፈድፋደ እምነ ኮሉ ኢፍጡራን ወኢይትረከቡ በሐልዮ ወበለብዎ ርኁቃን ወልዑላን ወእሙንቱ አምጻእያኒሆሙ ለኮሎሙ ፍጡራን እምኀበ ኢሀልዎ ኀበ ሀልዎ።	3. ንኮሉ ይውሰኑ እምበር ሓደ እኳ ዝውሰኖም የልቦን። ኮነታቶም ከመይ ከምዝኾነ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ብቕድምና ዝነበሩ ብርሃናት እዮም። ልቡና ኣይምርምሮምን፡ ሕሊና ኣይውሰኖምን።ንኮሉ ይርእዩ፡ ንሳቶም ግና ኣይርኣዩን። ዝመስሎምን ዝመዓራረዮምን የልቦን። ዘይሞቱ ዘይልወጡ ሕያዋን እዮም። ካብ ኮሉ ዝረሓቑ ንኮሉ ዝቕርቡ እዮም። ልዕሊ ኮሉ ድማ ፍልጠት ናይ ባህሪኡም እዩ። ዘይተፈጥሩ እዮም። ካብ ምምርማር ዝረሓቑ ረቀቕቲ ስለዝኾኑ ብሓሳብን ምርምርን ኣይርከቡን እዮም። ንኮሎም ፍጥረታት ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዘምጽኡ ንሳቶም እዮም።
፬ ነአምን ወንትአመን ወንሰግድ ለዝንቱ ህላዌ ቀዳማዊ እንተ ዘሥሉስ ቅዱስ እለ ፍሉጣን በአካላት ወገጻት ወእኁዛን በጽምረተ አሐቲ መለኮት ወልዑላን እምኮሉ ጐልቍ ወተከፍሎ ሥላሴ በተዋሕዶ ወተዋሕዶ በሥላሴ ተጋብአ በተከፍሎ ወተከፍሎ በተጋብኦ ወበእንተ ዝንቱ ንብል ፩ዱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ ህላዌ እንተ ዘሥሉስ ቅዱስ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	4. ንኣምን ንተኣማመን ኢና። ከምኡ ውን ብኣካላትን ብገጻትን ፍሉያት፡ ብሓደ መለኮት ሓድነት ሓደ ዝኾኑ፡ ካብ ኮሉ ምቕዳርን ምኽፋልን ዝረሓቑ፡ ነዚ ብቕድምና ዝነበረ ባህርየ ሥላሴ ንሰግድ። ሠለስትነት ኣብ ሓድነት፡ ሓድነት ውን ኣብ ሠለስትነት ኣሎ። ሓድነት ኣብ ምፍላይ፡ ምፍላይ ከኣ ኣብ ሓድነት ኣሎ። በዚ ድማ እግዚኣብሔር ሓደ እዩ። ባህርየ ሥሉስ ቅዱስ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ውን ሓደ እዩ ንብል።
፭ ወኢንፈሲ ቅድስተ ሥላሴ ፩ደ ገጸ ወ፩ደ አካለ ከመ ሰባልዮስ ረሲዕ ዘአስተጋብአ ቅድስተ ሥላሴ በ፩ዱ አካል ወዝንቱሰ ዕልው ቦ ጊዜ አመ ይሰሚ ቅድስተ ሥላሴ አበ ወቦ ጊዜ አመ ይሰሚ ወልደ ወቦ ጊዜ አመ ይሰሚ መንፈስ ቅዱስ ወኢኮነ ይሁብ ዘይደልዎሙ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንብል እስመ አብሂ አብ ውእቱ በኮሉ ጊዜ ወላዲ ወኢተወላዲ ወወልድሂ ዘተወልደ እምአብ ቅድመ ወኢወላዲ አላ ተወላዲ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስሂ ሠረፀ እምአብ ኢወላዲ ወኢተወላዲ እሉ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ ሥልጣን ወአሐቲ ምክር ወ፩ዱ ፈቃድ።	5. ከምቲ መናፍቕ ሰባልዮስ ንሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ዝገበረ፡ ንቅድስት ሥላሴ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ኣይንብልን። እዚ መናፍቕ ሰባልዮስ፡ ነዞም ሠለስተ ኣካላት **አብ** ዝበለሉ ጊዜ ኣሎ፡ ወልድ ዝበለሉ ጊዜ ውን ኣሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝበለሉ ጊዜ ኸኣ ኣሎ። **ንአብ** ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ዝግብኦም ሂቡ ኣይዛረብን ነበረ። ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና **አብ** ብኹሉ ጊዜ **አብ** ከምዝኾነን ወላዲ ከምዝኾነን ተወላዲ ውን ከምዘይኮነ ንዛረብ ኣሎና። ወልድ ውን ዓለም ከይተፈጥረ ካብ **አብ** ከምዝተወልደ፡ ተወላዲ እዩ እምበር ወላዲ ከምዘይኮነ ንዛረብ። መንፈስ ቅዱስ ውን ካብ **አብ** ከምዝሠረፀ፡ ወላዲን ተወላዲን ከምዘይኮነ ንዛረብ። እዚኣቶም (**አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ**) ሠለስተ ኣካላት፡ ሠለስተ ገጻት፡ ሓደ መለኮት፡ ሓደ ጉይታ፡ ሓደ ሥልጣን፡ ሓንቲ ምኽርን ሓደ ፍቓድን እዮም።
፮ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንሜንን ወንርሕቅ እምኮሉ ንባበ አርዮስ መሰሓቲ ዘአምጽአ ላዕለ ቅድስት ሥላሴ ህላዌያተ ፍሉጣተ ወመለኮታ ዊያተ ሊሉያተ እሉ ቃላት ተቃራንያኒሆሙ እሙንቱ ለሥሉስ ቅዱስ ንሕነሰ ንትመየጥ ኀበ ሥነ አምልኮትነ ሠናይ አምላካዊ ወንግድፍ	6. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ካብቲ ኣብ ቅድስት ሥላሴ ፍሉያት ባህርያትን ፍሉያት መለኮታትን ምባል ዘምጽአ ከሓዲ ኣርዮስ ንርሕቕን ንነቕፎን። እዞም ‘ሓደ ገጽ ሠለስተ መለኮት’ ዝብሉ ቃላት ንሥሉስ ቅዱስ ዝቃወሙ እዮም። ንሕናስ ናብቲ ኣምላኽ ዝገለጸልና ሠናይ ኣምልኾትና ንመለስ! ነዞም ጽሉኣት ነገራት ውን ካባና ነርሕቕ። እዚኣም ድማ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
እምላዕሌነ እሎንተ ምኑናተ ዘውእቶን አስተዋ ሕዶተ አይሁዳዊ ወከፊሎተ መጣአዊ ወንበል ፭ዱ እግዚአብሔር ወ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ መለኮት።	ከም ኣይሁድ ‘ሓደ ገጽ’ ምባልን ከም ጣየታውያን ‘ዝተፈላለየ ኣምላኽ ኣሎ’ ምባልን እዮም። ‘እግዚኣብሔር ሓደ እዩ፡ ባህሪኡ ኸኣ ሓደ እዩ፡ መለኮት ውን ሓደ እዩ’ ንበል።
፯ ወከመዝ እምነት በሥሉስ ቅዱስ እለ ሰቡሓን ወውዱሳን ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአልቦ ካልእ አምላክ ውፁእ እምእሉ ፫ቱ አካላት በከመ ይቤ መምህር ዓቢይ ወክቡር ባስልዮስ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ሃይማኖት ነአምን ወንትአመን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ህላዌ ዘኢተንብረ ወሥልጣን ከሃሊ ዘልማዱ ኀሩት ወሠናይት።	7. በቶም ክብርን ምስጋናን ናቶም ዝኾነ ሠለስተ ኣካላት እንኣምኖ እምነት ከምዚ እዩ። ንሳቶም ድማ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ካብዞም ሠለስተ ኣካላት ዝተፈልየ ካልእ ኣምላኽ የልቦን። ከምቲ እቲ ዓቢይን ክቡርን መምህር ባስልዮስ ብዛዕባ ነገረ ሃይማኖት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ፡ ‘ቡቲ ዘይተፈጥረ ባህርይ፡ ንኹሉ ዝኽእል ሥልጣን፡ ለውሃትን ሠናይን ዝልማዱ **ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንኣምንን ንተኣማመንን’ዝበሎ እዩ።
፰ ወሶበሂ ንቤ ፭ዱ መለኮት ወ፭ዱ ህላዌ ወአሐቲ ስግደት ወአሐቲ መንግሥት አኮ ዝንቱ ዘያበዋል ላዕሌነ ተሰምዮተ ፫ቱ አካላት እስመ ለለ፭ዱ እም፫ቱ አካላት ህልዋን ወጽኑዓን እሙንቱ በበአካላቲሆሙ በከዮሉ ጊዜ ወአኮ ብሂለ ፫ቱ አካላት ዘይፈልጥ ላዕሌነ መለኮተ ወህላዌ ወባሕቱ እስመ መለኮትሰ ህልው ውእቱ ዘእንበለ ተከፍሎ በከዮሉ ጊዜ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ይትዋሐድ እንበለ ተፈልጦ ወተከፍሎ ወኢፍሉጣን እሙንቱ በተዋሕዶ።	8. ‘ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ ሓንቲ ስግደት ሓንቲ መንግሥቲ’ እንተበልና ውን እዚ ነቲ ‘ሠለስተ ኣካላት’ ምባል ዘፍርሰልና ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነፍሲ ወከፍ ካብ ሠለስተ ኣካላት ኮሉ ጊዜ በብኣካሉም ጸኒያም ዘለዉ እዮም። ‘ሠለስተ ኣካላት’ ምባል ውን ነቲ መለኮትን ባህርይን ዝኸፍለልና ኣይኮነን። እኳ ደኣ ኮሉ ጊዜ መለኮት ከይተኸፍለ ጸኒዑ ዝነብር እዩ። ምኽንያቱ እዞም ሠለስተ ኣካላት ብዘይ ምክፍፋልን ብዘይ ምንጽጻልን ሓደ ኮይኖም ይነብሩ፡ ብተዋሕዶ ውን ዘይፍለዩ እዮም።
፱ በከመ መሀረነ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ዓቢይ በውስተ መልእክቱ ዘፈነወ ኀበ አንስጣስዮስ እንዘ ይብል ነአምን በ፭ዱ አምላክ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ በተዋሕዶ ተዋሕዶ በሥላሴ ንብል ፭ዱ እንበይነ መለኮት ወ፫ቱ እንበይነ አካላት ወገጻት በ፭ዱ ክብር ወበ፭ዱ ስባሔ እንተ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ምሥጢረ ሥላሴ ይትከፈል ወኢይትከፈል ይትከፈሉ በአካላት ወኢይትከፈሉ በመለኮት ወከመዝ ውእቱ ተፍጻሜተ ጥምቀትነ ወፍጻሜ እምነትነ ቦሙ በከመ ይቤ እግዚእነ በወንጌል ለአርዳኢሁ ሑሩ ወመህሩ ኵሎ አሕዛበ ወእንዘ ታጠምቅዎሙ በሉ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ። ማቴ ፳፰፡፲፱ ።	9. እቲ ዓቢይ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ሳዊሮስ ናብ ኣንስጣስዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፡ ‘ሓደ ኣምላኽ ብዘኾነ ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንኣምን፡ ሓድነት ኣብ ሠለስትነት ሠለስትነት ኣብ ሓድነት ኣሎ’ ክብል ከምዝመሃረ እዩ። ብናይ **ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ዝኾነ ሓደ ክብርን ሓደ ምስጋናን፡ ብዛዕባ መለኮት ክንዛረብ ከሎና ሓደ፡ ብዛዕባ ኣካልን ገጽን ክንዛረብ ከሎና ድማ ሠለስተ ኢና ንብል። ምሥጢረ ሥላሴ ይኽፈል እዩ፡ ኣይክፈልን ድማ እዩ። ብኣካላት ይፈላለዩ፡ ብመለኮት ግና ኣይፈላለዩን እዮም። ብስም ሠለስቲኣም እንጥመቐ ማኣተም ጥምቀትና፡ ብስም ሠለስቲኣም እንኣምኖ ፍጹም እምነትና ከምዚ እዩ። ከምቲ ጐይታና ኣብ ወንጌል ንሓዋርያት፡ ‘ኪዱ ንኮሎም ኣሕዛብ መሃሩ፡ ከተጥምቕዎም ከሎኹም ድማ በስመ አብ ወወልድ መመንፈስ ቅዱስ በሉ’ ዝበለ እዩ። ማቴ. 28፡19።
፲ ወካዕበ ይቤ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በውስተ ድርሳኑ በእንተ ሃይማኖት ነአምን ይእዜ ወንትአመን ከመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዕሩያን ምስለ አብ ወኮሉ ዘኢየአምን ወኢይትአመን ቦሙ ከመ ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ	10. ከምኡ ውን ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ኣብቲ ነገረ ሃይማኖት ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፡ ‘ሕጂ ውን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስ **አብ** ማዕረ ከምዝኾኑ ንኣምንን ንተኣማመንን።ብቓልን ብሥራሕን ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ ከምዝኾኑ ብእኣም ዘይኣምንን ዘይተኣማመንን

ዘሱኑትዩ ም፥ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፥ 109
መለኮት እሙንቱ በቃል ወበምግባር ውጉዘ ለይኩን ወካዕበ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ፫ቱ አካላት ህልዋን እንበለ ውላጤ ወኢሚጠት።	ውጉዝ ይኹን' በለ። ከምኡ ውን ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ፥ 'ሠለስተ ኣካላት ብዘይምልዋጥን ብዘይምንጽጻልን ጸኒያም ይነብሩ'በለ።
፲፩ ወበዝ ንባብ ንገዝም ወንመትር ቦቱ ሰባልዮስሃ ረሲዐ ወሙሱነ ዘይወፅእ እምጽድቅ በብሂሎቱ ፫ቱ አስማት ባሕቲቶሙ እንተ ዘፀዱ አካል ወበእንተ ዝንቱ ይሰምዮሙ ሥላሴ ቦ ዘመነ አመ ይሰሚ አበ ወቦ ዘመነ አመ ይሰሚ ወልደ ወቦ ዘመነ አመ ይሰሚ መንፈስ ቅዱስ ወዝንቱ ረሲዕ ፈቀደ ይረስዮሙ ለእሉ አስማት አሐደ አካለ።	11. በዚ ኣበሃህላ እዚ፥ ነቲ 'ሠለስተ ኣስማት ናይ ሓደ ኣካል ጥራይ እዮም' ብምባል ካብቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝወጽአ ጥፋእን ዝንጉዕን መናፍቕ ሰባልዮስ ኣውጊዝና ንፈልዮ። በዚ ድማ ብሰም ጥራይ ሠለስተ ይብል። ኣብ ዝበለሉ ጊዜ ኣሎ፣ ወልድ ዝበለሉ ጊዜ ኣሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ዝበለሉ ጊዜ ኣሎ። እዚ መናፍቅ'ዚ ነዞም ሠለስተ ኣስማት ሓደ ኣካል ንኽንብሮም ደለየ።
፲፪ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንገድፍ ቃሎ ምንንተ ወሃይማኖቶ ርኵስተ ወሙስንተ ወንብል እስመ አብሰ አብ ውእቱ እስከ ለዓለም ወህልዉ በአካሉ ወበገጹ ዘእንበለ ተውላጥ ወኢሚጠት ኢይትመየጥ ለከዊነ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እስመ ህላዌሁ ኢይትዌለጥ ወኢይትመየጥ እስመ ጽኑዕ ውእቱ ወከማሁ ወልድሂ ህልው በአካሉ ወበገጹ ኢይትመየጥ ለከዊነ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወኢይትዌለጥ እስመ ጽኑዕ ውእቱ ወከማሁ መንፈስ ቅዱስሂ ኢይትመየጥ ወኢይትዌለጥ ለከዊነ አብ ወወልድ እስመ ጽኑዕ ውእቱ ንሕነሂ እንከ ምእመናን ንብል ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ፈቃድ ወ፩ዱ ህላዌ ወአሐቲ ሥምረት ወ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንተ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	12. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ነዛ ጽልእቲ ትምህርቱን ርኽሰቲ ሃይማኖቱን ነርጎቓ ኢና። ኣብሰ ንዘለዓለም ኣብ እዩ፣ ባህሪኡ ከይገደፈን ከይተለወጠን ብኣካሉ ብገጹ ጸኒዑ ዘሎ እዩ። ናብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምኻን ኣይልወጥን እዩ፣ ባህርዩ ጸኒዑ ዝነብር ቀዋሚ ስለዝኾነ ኣይልወጥን ኣይናወጽን እዩ። ከምኡ ውን ወልድ ብኣካሉን ብገጹን ጸኒዑ ዘሎ እዩ። ጸኒዑ ዝነብር ቀዋሚ ስለዝኾነ ኸኣ ናብ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ምኻን ኣይልወጥን ኣይፈልስን እዩ። ከምኡ ድማ መንፈስ ቅዱስ ከይተለወጠ ጸኒዑ ዝነብር ቀዋሚ ስለዝኾነ ናብ ኣብን ወልድን ምኻን ኣይልወጥን እዩ' ንብል። እምበኣር ንሕና ምእመናን፣ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት፣ ሓደ መለኮት ሓደ ፍቓድ ሓደ ባህርይ ሓንቲ ሥምረት እዮም' ንብል።
፲፫ ወዓዲ ንከሥት ንባቦ ለአርዮስ መስሐቲ ሕሱመ ሰም ወሕሰው ወነኪር እምነ ጽድቅ ወከማሁ ለአውናምዮስ ዘይትአረወይ ለእከይ ገዙኩ ሰራቂ ምሥጢር ወተኮላ መሣጢ እስመ ንሕነሰ ኢነአምር በላዕለ እሉ ፫ቱ አካላት ህላዌ ያተ ፍሉጣተ ወመለኮታተ ነኪራተ ወዳእሙ ይትጋብኡ በ፩ዱ መለኮት ወይትከፈሉ በአካላት ወበገጻት ውብሂለ ኢተወልደሰ ወተወልደ ወሥረጸ አኮ ዘይከፍሎሙ ጎበ ህላዌያት ፍሉጣት።	13. ዳግማይ ውን ንክሕደት ናይቲ ካብ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝተፈልየ፣ ሓሳዊ፣ በዓል ክፋእ ሰምን መስሓትን ኣርዮስ ንገልጽ። ከምኡ ውን ንክሕደት ናይቲ ንክፍኣትዝጸንዔ ሃይማኖቱ ዝለወጠን መንጣሊ ተኮላ ዝኾነን ኣውናምዮስ ንገልጽ። ንሕና ኣብዞም ሠለስተ ኣካላት ዝተፈላለዩ ባህርያትን ዝተፈ ላለዩ መለኮታትን ከምዘለዉ ኣይንኣምንን። እኳ ደኣ ብሓደ መለኮት ሓደ ይኾኑን ብኣካላት ብገጻት ይፈላለዩን እምበር። እቲ 'ኣይተወልደን፣ ተወልደ፣ ሠረፀ'ምባል ድማ ናብ ሠለስተ ባህርያት ዝኸፍሎም ኣይኮነን።
፲፬ ወይእዜኒ እሎንተ ቃላተ ጎዳጣተ እምብዙኅ ፈነውነ ጎበ ቅድሳቲክሙ በእንተ ቅድስት ሥላሴ በከመ ተምህርነ እምአበዊነ ቅዱሳን ከመ ኢናኑኅ ነገረ ወንሕነ ነአምር ከመ ቅድሳቲክሙ ሰንዕው ምስሌነ በዝንቱ ንትመየጥኬ ይእዜ ጎበ ትሥጉተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	14. ሕጂ ውን ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ፥ ዘረባ ምእንቲ ከይነብዝኅ ከምቲ ካብ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝተመ ሃርናዮ ካብ ብዙኅ ነዘን ጎደት ቃላት ጽሒፍና ነቲ ቅዱስ ሰብነትኩም ለኣኽና። ንሕና እቲ ቅዱስ ሰብነትኩም በዚ ሃይማኖት እዚ ምሳና ሓደ ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ሕጂ ግና ናብቲ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሰብ ምኻኑ ነገር ናብ ምንጋር ንመለስ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
፲፭ ወንበል ከመ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል ዘእመለኮተ አብ እንበለ ተፈልጦ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን ዘዕሩይ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ በቅድምና ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት አመ ሶበ ፈቀደ ያድኅን ትዝምደ እጓለ እመሕያው ዘበጽሐ ለሙስና ፍጹም ወኅጥአ ተሰፋሁ ከመ ይሚጦ ለብእሲ ቀዳማዊ ጎበ ዘቀዳሚ ርስቱ አጽነነ ርእሶ እምሉዐሌ ሰማያት እንዘ ኢየዐርቅ እመንበረ አቡሁ ወረደ እምሰማያት ጎቤነ በደኃሪ መዋዕል በህድአት ከመ ጠል ውስተ ፀምር ከማሁ ጎደረ ውስተ ከርሠ ድንግል በዝኵሉ ጊዜ እንተ ይእቲ ዘበአማን ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል ማርያም ቅድስት። መሳ ፮፡፴፮ ።	15. ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን፡ ብዘይ ምፍላይ ካብ አብ ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ዝተረኽቡ፡ ብቅድምናን ንኹሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ማዕረ ዝኾነ፡ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚአብሔር ቃል፡ ነቲ ንፍጹም ጥፍኣት በጺሑ ተሰፋኡ ውን ስኢኑ ዝነበረ ባህርየ ሰብ ንክድኅን ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፡ ነቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ናብቲ ዝቐደመ ርስቱ ንኽመልሶ ካብ ሓድነት ኣቦኡ ከይተፈልየ ንልዑል ባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ፡ ኣብ ዳኅራይ ዘመን ካብ ልዕልና ናብ ትሕትና ወሪዱ፡ ከምቲ ጠሊ ከይተሰምዐ ወሪዱ ምስ ፀምሪ ዝወሓሓድ ከምኡ ኸኣ ኣብ ማሕፀን ናይታ ኵሉ ሳዕ ንጽሕቲ ዝኾነት ድንግል ኃደረ። እዚኣ ድማ ወላዲት እግዚአብሔር ቃል ቅድስቲ ማርያም እያ" ንበል። መሳ. 6፡36 ።
፲፮ ወነሥአ ሎቱ እምኔሃ ሥጋ በመንፈስ ቅዱስ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ዘይትዔረየነ ወዘይትማሰለነ በሕማም በከመ ጽሑፍ እስመ ጥቡብ ሐነፀት ላቲ ቤተ ወበከመ ይቤ በወንጌል ቅዱስ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ ወርኢነ ስብሐቲሁ ከመ ስብሐተ ወልድ ዋሕድ ለአቡሁ ወዝንቱ ኮነ በጊዜ አብሠራ ገብርኤል ሊቀ መላእክት ዘተአምነ ላዕለ ዝንቱ ምሥጢር ዓቢይ ዘኢይክል ልሳን ነቢቦቱ ወልቡና አግምሮቱ እንዘ ኢይፈትሕ ማኅተመ ድንግልናሃ ወነበረ በከመ ኮነ አምላከ ፍጹመ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ወበከመ ውእቱ አምላክ ፍጹም ዓዲመ ሰብእ ፍጹም ውእቱ ወኢተወለጠ መለኮት ለከዊነ ትስብእት ወኢትስብእትሂ ለከዊነ መለኮት እስመ ውእቱሰ ርሑቅ እምኵሉ ተውላጥ ወተምያጥ። ምሳ ፱፡፩ ። ዮሐ ፩፡፲፬። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፮።	16. ካብኣ ድማ ብዘይ ዘርኣ ብእሲ ብግብረ መንፈስ ቅዱስ ንክወሓድ ሥጋ ወሰደ። እቲ ነባቢትን ለባዊትን ነፍስ ዘለዎ፡ ብሕማም ንኣና ዝመስለናን ዝመዓራረየናን ሥጋ እዩ። 'ጥቡብ ንርእሳ ቤት ሐነፅት' ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ እዩ። ቅዱስ ወንጌል ውን 'ቃል ሥጋ ኮነ ኣባና ውን ኃደረ፡ ክብሩ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዱ ነቦኡ ዝበለ ርኣና' ከምዝበሎ እዩ። ነዚ ልሳን ክናገሮ ልቡና ክምርምሮ ዘይክእል ረቂቕ ምሥጢር'ዚ ዝተኣመነ ሊቀ መላእክቲ ቅዱስ ገብርኤል ምስ ኣበሥራ፡ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ እዚ ሰብ ምኻን ተገብረ። ከምቲ ፍጹም ኣምላኽ ዝኾነ ውን ፍጹም ሰብ ኮይኑ ነበረ። ንሱ ፍጹም ኣምላኽ ከምዝኾነ ከምኡ ድማ ፍጹም ሰብ እዩ። መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን፡ ሥጋ ኸኣ ናብ መለኮት ምኻን ኣይተለወጠን። ምኽንያቱ ንሱ ካብ ምልዋዋን ባህሪኡ ካብ ምግዳፍን ርሑቕ እዩ። ምሳ. 9:1። ዮሓ. 1፡14፡ ሉቃ. 1፡26-36 ።
፲፯ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢይትከፈል ወእንበይነ ዝንቱ ጸንዐ ተዋሕዶ አምላካዊ በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ በእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ በከመ መህሩነ አበው ለባሲያነ እግዚአብሔር እስመ መንክርሰ ወዕፀብ እስመ ድንግል ኮነት ታውኅዝ ሐሊበ ምስለ ድንግልናሃ ዝንቱ ግብር ይትሌዐል ወይትዐዶ እምልቡና እጓለ እመሕያው እስመ ልማዶን ለአንስት ኢያውኅዛ ሐሊበ ዘእንበለ በሩካቤ ብእሲ ወበከመ ፀንሰቶ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ከማሁኬ ወለደቶ ዓዲ በድንግልና እንበለ ይትረኀው አንቀጸ ሥጋሃ	17. ድኅሪ ተዋሕዶ ኣይኽፈልን'ዩ። በዚ ድማ እቲ ኣምላኽ ዝገበሮ ተዋሕዶ፡ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ብምኻኑ ጸንዐ። ከምቲ እግዚአብሔር ዝኃደሮም ኣቦታት ዝመሃሩና፡ እቲ ዝገርምን ዝድንጹን ነገርሲ ድንግል ብድንግልናኣ ከላ እንሆ ጸባ ተረኽባ። ኣንስቲ ብልማደን ምስ ሰብኣይ ከይተራኸባ ጸባ ኣየርክብን እየን እሞ እዚ ሥራሕ'ዚ ልዕሊ ምርምር ልቢ ሰብ ዝኾነ ፈጺሙ ረቂቕ እዩ። ከምቲ ብዘይ ዘርኣ ብእሲ ዝፀነሰቶ ከምኡ ድማ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ ብድንግልና ወለደቶ። እቲ ኣምላኽ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
ጎቱም ወከመዝ ውጎዘ ሐሊብ ለፈጽሞ መንክራት አምላካዊ። ሕዝ ፴፬፡፪ ።	ዝገበሮ ግሩም ሥራሕ ፍጹም ንምግባር ብከምዚ ብድንግልና ጸባ ተረኽበ። ሕዝ. 44፡2።
፲፰ ወዝንቱሰ ፅንስ ወልደተ አምላክ ብዑድ ውእቱ እምሕገ ልደተ እጓለ እመሕያው ዘኢኮነ እምቅድመዝ ወኢይከውን እምድኅረዝ ወዝንቱሰ ሥጋ አምላክ ኮነ ይሴሰይ ከመ ሕፃናት ወይልህቅ በበህቅ ወይነሥእ መዋዕለ ልህቀት ከመ ሥርዓተ ሰብእ በበመዐርግ እስከ በጽሐ ለፍጻሜ አካለ ሰብእ።	18. እዚ ፅንስን ልደትን ኣምላኽ፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይተገብረ ንብድኅሪ ሕጂ ውን ዘይግበር፣ ካብ ሕጊ ፅንስን ልደትን ሰብ ዝተፈልየ እዩ። እዚ ናይ ኣምላኽ ገንዘብ ዝኾነ ሥጋ ከም ሕፃናት እናተመገበ በብንእሽቶ ይዓቢይ ነበረ። ዓቕሚ ኣዳም ክሳዕ ዝበጽሕ ውን ንሰብ ከምዝግባእ በብንእሽቶ በብመጠኑ ምዕባይ ገንዘብ ይገብር ነበረ።
፲፱ ወውእቱሰ ወህቤ ሕይወት ለኵሉ ሰብእ ወፈጸሚሆሙ ውእቱ ለፍጹማን ወያበውእ ቀርባነ በእንተ ርእሱ ዘሎቱ ያቀርቡ ኵሉ ፍጥረት ዘመልዕልት ወዘመትሕት ቀርባነ ውኩፈ ለዕበየ ወውእቱ ፈቀደ ይንጻሕ እንዘ ለሊሁ ንጹሕ ወቅዱስ ወውእቱ መንጺሐሆሙ ለንጹሐን ወመያጢሆሙ ለኃጥኣን መርዐዊሃ ውእቱ ለቤተ ክርስቲያን ወገረረ ለሕገ ኦሪት ወኮነኔሃ እንዘ ውእቱ ሐጋጊሃ ወሠራዒሃ ወአምጻኢሃ እንዘ ይፈቅድ ያጽድቅ በዝንቱ ጽድቀ ትሥጉቱ ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ። ሉቃ ፪፡፳፪-፳፭። ዘሌዋ ፲፪፡፰ ። ገላ ፬፡፭-፯ ።	19. ንኵሉ ሰብ ሕይወት ዝዕድል እዩ፡ ንፍጹማን ውን ናብ ፍጹም ክብሪ ዘብቕዖም ንሱ እዩ። እቶም ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ኵሎም ፍጥረታት ኑቲ ንጉይትኑቱ ፈትዩ ዝቐበሎ መሥዋዕቲ ዘቕርቡሉ ንሱ ምእንቲ ርእሱ እጉለ ርግብን ዘውገ ማዕነቕን ኣቕረበ። ንሱ ንጹሐ ባህርይ ኣምላኽ እንከሎ በዓለ ንጽሕ ከኽብር ፈተወ። ኑዮም ንጹሓን ዘንጽሖም፡ ንኃጥኣን ዝመልሶም ንሱ እዩ። ንምእመናን ዘዋሕድ ንሱ እዩ። ንኦሪት ዝሥርዓ ዝወሰናን ዘርከባን ንሱ ክኸውን ከሎ፣ በዚ ሰብ ምኻኑ ንኽረድኦ ፈትዩ ንሕግን ፍርድን ኦሪት ፈጸመ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ንኸሉ ናትና ሥራሕ ሠርሐ። ሉቃ. 2፡22-25። ዘሌዋ. 12፡8 ። ገላ. 4፡5-7 ።
፳ ወኢንበ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት በከመ ሐለዩ ሰብእ አብዳን እለ አልቦሙ ልብ እንዘ ይሔልዩ ከመ ጠቢባን እሙንቱ ወእፎኑ ይብልዎ ለፅዱ እግዚእነ ክርስቶስ ፪ተ ህላዌያተ ወ፪ተ አካላተ ወ፪ተ ገጻተ ወይሬስዩ ቅድስተ ሥላሴ ፬ተ አካላተ እስመ ኢይደሉ ከመ ይኩን ህላዌ ዘእንበለ አካል ወናሁ አቅደመ ብሂለ በእንተ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ መምህር ዘእሙር በጥበብ ወሚመት ይቤ በመልእክቱ ዘፈነዋ ኀበ ንስጥሮስ ዐላዊ ዘይከብድ ቃሉ እምአድባራት ነዋኃት እንዘ ያወግዝ ውሰቴታ ኵሎ ዘይዜክር ፪ተ ህላዌያተ እምድኅረ ተዋሕዶ ወእምኔሆሙ ፲ተወ፪ቱ ክፍል ዘጸሐፈ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት እመቦ ዘይቤ ፪ቱ ህላዌያት አው ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ ውጉዘ ለይኩን።	20. ከምቲ እቶም ኣእምሮ ዘይብሎም፡ ባዕሎም ፈላጣት ኢና ዝብሉ ዓያሹ ሰባት ብዛዕባኡ 'ክልተ ባህርያት ከምዝኾነ' ዝዛረብዎ ኣይንዛረብን ኢና። ነቲ ሓደ ጐይታና ክርስቶስ ከመይ ኢሉም ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ክልተ ገጽ ይብልዎ፧ ንሠለስተ ኣካላት ከመይ ኢሎም ኣርባዕተ ይብልዎም፧ ምኽንያቱ ባህርይ ብዘይ ኣካል ክርከብ ኣይክኣልን'ዩ። በዚ ድማ እቲ ብፍልጠትን መምህርነትን ዝተፈልጠ ቅዱስ ቄርሎስ እንሆ ኣቐዲሙ ተዛረበ፣ ንኵሎም እቶም ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ ዝብሉ ብእኣ እናወገዙ፡ ናብቲ ነገሩ ካብ ዓበይቲ እምባታት ዝኾነ ድ መናፍቅ ንስጥሮስ ኣብ ዝለኣኻ መልእኽቱ፣ ካቡቶም ብዛዕባ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዝጸሓፎም ዓሠርተ ክልተ ክፍለ ግዝት ዝርከባ መልእኽቱ 'ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን' በለ።
፳፩ ወቅዱሰሂ ኅርኅርዮስ ነባቤ መለኮት ይቤ በድርሳኑ በእንተ ልደት ሰቡሕ ትትፌሣሕ ሰማይ ወትትኀሠይ ምድር እስመ ሰማያዊ ውእቱ	21. ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ቅዱስ ኅርኅርዮስ ነገረ ልደት ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፣ 'ሰማያዊ እዩ፡ ምድራዊ ውን ኮይኑ እዩ እሞ ሰማይ ይሕጐሱ፡ ምድሪ ውን ደስ ይብላ። ሥጋ ዘይነበሮ ኸኣ ሥጋ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
ወውእቱ ምድራዊ ዘአልቦቱ ሥጋ ነሥአ ሎቱ ሥጋ ወዓዲ ይቤ ውእቱ እንበለ እም በሰማያት ወዘእንበለ አብ በዲበ ምድር ቀዳሚሰ ዘእንበለ እም ውእቱ ወደኃሪኒ እንበለ አብ ውእቱ ወዓዲ ይቤ ቃል ሥጋ ኮነ ወዘኢያስተርኢ አስተርአየ ዘኢይትገሠሥ ተገሠ ወወልደ እግዚአብሔር ኮነ ወልደ እጓለ እመሕያው።	ወሰደ' በለ። ከምኡ ውን ብሰማያዊ ልደቱ ኣደ የብሉን። ብምድራዊ ልደቱ ድማ ኣቦ የብሉን። ቅድሚ ዓለም ብዘይ ኣደ ተወልደ፡ ድኃሪ ዓለም ከኣ ብዘይ ኣቦ ተወልደ' በለ። ደጊሙ ውን 'እቲ ቃል ሥጋ ኮነ፡ እቲ ዘይረአ ተራእየ፡ እቲ ዘይድኅሥሥ ወልደ እግዚአብሔር ወዲ ሰብ ኮነ' በለ።
፸፪ ወካዕበ ይቤ እስመ እግዚአብሔር አስተርአየ ለሰብእ በተወልዶ ወመጽአ ኀበ እጓለ እመሕያው ወዓዲ ይቤ ዝንቱ ውእቱ ቃለ እግዚአብሔር ዘኢይትገመር ዘሀሎ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ዘአልቦቱ ሥጋ ነሥአ ሎቱ ሥጋ ወልድ ዘእምአብ ብርሃን ዘእምብርሃን ሊቅ ዘእምሊቅ ነቅዐ ሕይወት ዘእምነቅዐ ሕይወት ውእቱ መጽአ ኀበ ፍጥረቱ ወለብሰ ሥጋ በእንተ ሥጋ በከመ ይቤ አትናቴዎስ ሐዋርያዊ አኮ ዘነአምሮ ለወልድ ዋሕድ በ፪ቱ ህላዌያት ለ፩ዱ ዘንሰግድ ሎቱ ወለካልኡሂ ዘኢንሰግድ ሎቱ አላ ፩ዱ ህላዌ ዘወልደ እግዚአብሔር ቃል እምቅድመ ትሥጉቱ ወእምድኅረ ተሠገወሂ።	22. ከምኡ ውን 'እግዚአብሔር ብምውላዱ ንሰብ ተገልጸ፡ ናብ ሰብ ከኣ መጸ' በለ። ደጊሙ ውን 'እቲ ዘይውሰን ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ዝነበረ ቃል እግዚአብሔር እዚ እዩ። ሥጋ ዘይነበሮ ሥጋ ወሰደ። እቲ ካብ አብ ዝተረኽበ ወልድ፡ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሊቅ ዝተረኽበ ሊቅ፡ ካብ ኣቦ ዝተረኽበ ኣቦ፡ ካብ ምንጪ ሕይወት ዝተረኽበ ምንጪ ሕይወት ንሱ ናብቲ ዝፈጠሮ ፍጥረት መጸ። ነቲ ሥጋ ንከኽብር ድማ ሥጋ ለበሰ' በለ። ሓዋርያዊ ኣትናቴዎስ ውን 'ሰብ ቅድሚ ምኽኑን ሰብ ድኃሪ ምኽኑን ናይ ወልደ እግዚአብሔር ባህርይ ሓደ እዩ እምበር፡ ነቲ ሓደ ንሰግደሉ፡ ነቲ ካልኣይ ኸኣ ዘይንሰግደሉ ኮይኑ ብኽልተ ባህርይ ከምዘሎ ንፈልጦ ኣይኮንናን' በለ።
፸፫ ወከመዝ ዓዲ ይቤ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ኢትበል ፪ቱ ህላዌያተ ወኢ ፪ቱ አካላተ በእንተ እግዚእነ ክርስቶስ ወኢንሰግድ ለ፬ቱ ለእግዚአብሔር ወለወልደ እግዚአብሔር ለሰብእሂ ወለመንፈስ ቅዱስ ወቅዱሰሂ ባስልዮስ ይቤ እስመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ በከመ ለሊሁ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ ምግባር ውእቱ ወካዕበ ይቤ ፩ዱ መምህር አትናቴዎስ ሐዋርያዊ በውስተ ድርሳኑ ዘደረሰ በእንተ ትሥጉቱ ለክርስቶስ ሞተ ክርስቶስ በሞተ ዚአነ ከመ ይቅትሎ ለሞት በሞቱ ወውእቱሰ ኢመዋቲ ውእቱ በህላዌ መለኮቱ ወኢይክል እጓዞ ሞት ለመለኮቱ በከመ ኃይሉ ለአብ ዘኢሐማሚ ውእቱ።	23. ከምኡ ውን ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ ከምዚ በለ፥ 'ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትዛረብ ከሎኻ ክልተ ኣካላት ክልተ ባህርያት ኣለውዎ ኣይትበል። ንእግዚአብሔር፡ ንወልደ እግዚአብሔር፡ ንሰብኡ ንመንፈስ ቅዱስ ኢልና ኣርባዕተ ጌርና ኣይንሰግድን ኢና።' ቅዱስ ባስልዮስ ውን፥ 'ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሱ ከምቲ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ሥራሕ ዘኾነ ሓደ ባህርይ እዩ' በለ። ደጊሙ ኸኣ ሓዋርያዊ ዓቢይ መምህር ኣትናቴዎስ ኣብቲ ክርስቶስ ሰብ ናይ ምኽኑ ነገር ኣብ ዝተዛረበሉ ድርሳኑ፥ 'ክርስቶስ ብሞቱ ንሞት ምእንቲ ኸጥፍኦ ናትና ሞት ሞተ። ንሱ ግና ብባህርየ መለኮቱ ሞት ዘይብሉ እዩ። ሕማም ዘይብሉ ናይ አብ ኃይሉ ብምኽኑ ሞት ንመለኮቱ ክገዝኦ ኣይክእልን እዩ' በለ።
፸፬ ወካዕበ ይቤ በዝንቱ ድርሳን እመቦ ዘይሜህር ካልኦ እምዘነበቡ መጻሕፍት ቅዱሳት ወይብል ከመ ሥጋሁ ለእግዚኣነ እምሰማይ ወረደ ወኣኮ እማርያም ድንግል አው ዘይቤ ከመ መለኮቱ ተመይጠ ለከዊነ ሥጋ ወመለኮተ ቃልሂ ሐመ በህላዌሁ ዘንተሰ ለዘይቤ ከመዝ ታውግዞ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ወንሕነኒ ንረግሞ ወንሰድዶ ወናውፅኦ አፍኣ እምኔነ	24. ደጊሙ በዚ ድርሳን'ዚ ውን ፥ 'ቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ዝበልዎ ወጻኢ ዝምህር፡ ጐይታና ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ዝወረደ እዩ፡ ካብ ድንግል ማርያም ውን ዝተረኽበ ኣይኮነን ዝብል፡ ወይ ድማ መለኮቱ ናብ ሥጋ ምኽን ተለወጠ፡ መለኮት ቃል ከኣ ብባህሪኡ ሓመመ ዝብል እንተ ደኣ ኣልዩ፡ ነቲ ነዚ ዝበለ እታ ሓዋርያት ዝኣኩበዎ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ከምዚኣ ተውግዞ እዩ። ንሕና ውን ረጊምና ካብ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱	ዘሱኑትዩ ም፡ 109
ወካዕበ ይቤ ወለዝንቱ ሥጋ አምላክ ቃል ቦቱ ነፍሰ ነባቢት ወለባዊት ዘይትዋሐድ በአካል ተዐገሠ ለተፀንሶ ፱ተ አውራኀ ወወፅአ እምኔሃ አምላክ ዘበአማን ከዊኖ ሰብአ ፍጹመ ወበእንተ ዝንቱ ኢያማሰነ ማኅተመ ድንግልናሃ ለወላዲቱ እስመ ዘተወልደ እምኔሃ አምላክ ዘኢይትነገር ውእቱ።	ጉባኤ ፈሊና ክነውጽኦ ኢና። ደጊሙ ድማ ነዚ ኣምላኽ ቃል ዝተዋሐዶ ሥጋ'ዚ ነባቢትን ለባዊትን ነፍሲ ኣለዎ። እቲ ኣካላዊ ብምኹን ዝተዋሓደ ቃል ትሸዓተ ወርኂን ኃሙሽተ መዓልትን ክፅነስ ፈተወ። እቲ ናይ ባህርይ ኣምላክ ንሱ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ካብኣ ተወልደ። ስለዚ ከኣ ናይ ኣዲኡ ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይለወጠን። ምኽንያቱ እቲ ካብኣ ዝተወልደ ዘይምርመር ኣምላኽ እዩ።
፳፭ ወኢይክል እጓለ እመሕያው ከመ ያእምር ወይለቡ ወኢከመ ይበል ዘከመ እፎ ውእቱ ልደቱ ሠምረ ወተዐገሠ ከመ ይዋቡ ሐሊበ ወልህቀ በሥጋ በበሕቅ ከመ ሕፃናት በከዮሉ ጊዜ ወተመሰለነ በከዮሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ።	25. ሰብ፡ ክፈልዋ ኮነ ክምርምር ወይ ኸኣ ልደቱ ከመይ እዩ ክብል ኣይክእልን እዩ። ምጥባው ጸባ ፈተወ። ብኮሉ ጊዜ ውን ቡብንእሸቶ ከም ሕፃናት ዓበየ። ብዘይካ በይና ኃጢኣት ብኮሉ ሥራሕ መሰለና።
፳፮ ወእምድኅረ ተሰብአሂ ነበረ በተዋሕዶ ወኢወሰከ ቦኑልቄ ሥላሴ ምንተኒ ፍድፋዴ ወተውሳከ ወውእቱ ዓዲ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ዘዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ መለኮቱ ወይትዔረየነ ለነሂ በህላዌ ትሰብእቱ ውእቱሰ ሰማያዊ ውእቱ ወምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ይትገሠሥ ወኢይትገሠሥ ቅሩብ ውእቱ ወርሑቅ ሐማሚ ውእቱ ወኢሐማሚ ወባሕቱ ሐመ በሥጋ ወኢሐመ በመለኮት ወእለሰ ይብልዎ ለእግዚእነ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት ወይከፍልዎ በኀበ ፪ቱ ክፍል ወይብሉ እስመ ህላዌ ቃል ይገብር ግብረ መለኮት በህላዌሁ ወሥጋሂ ይገብር ግብረ ሥጋ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትሐተት ከመ ጉባኤ ዘተጋብኡ በኬልቄዶን እለ አልቦሙ ሕግ እለ ይብሉ ከመ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ እሉ ሙሱናነ ልብ ወሃይማኖት እሙንቱ እስመ ኢይደሉ ይክፍልዎ ለአማኑኤል አምላክነ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት አው ኀበ ፪ቱ አካላት አው ኀበ ፪ቱ ገጻት።	26. ሰብ ድኅሪ ምኽኑ ውን ብሓድነት ጸኒዑ ነበረ። ኣብ ልዕሊ ሠለስትነት ራብዓይ ኣካል፡ ኣብ ባህርይ ውን ካልኣይ ኣይወሰኸን። ንሱ ብመለኮቱ ምስ **ኣብ** ሓደ ዝኾነ፡ ሰብ ብምኽኑ ድማ ምሳና ሓደ ዝኾነ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ንሱስ ሰማያዊ እዩ፡ ምድራዊ ውን እዩ። ይርኢ እዩ፡ ኣይርኢ ከኣ እዩ። ይድኅሥሥ እዩ፡ ኣይድኅሥሥን ከኣ እዩ። ቀረባ እዩ፡ ርኁቕ ውን እዩ። ዝሓምም እዩ፡ ዘይሓምም ከኣ እዩ። እንተኾነ ግና ብሥጋ ደኣ ሓመመ እምበር ብመለኮቱ ኣይሓመመን። እቶም ንጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ባህርይ ዝብልዎ፡ ናብ ክልተ ወገን ዝኸፍልዎ፡ ድኅሪ እቲ ዘይምርመርን ዘይንገርን ተዋሕዶ ናይ ባህርየ ቃል ብናቱ ባህርይ ሥራሕ መለኮት ይሠርሕ፡ ሥጋ ኸኣ ሥራሕ ሥጋ ይሠርሕ ዝብሉ ግና፣ ከምቶም ድኅሪ ተዋሕዶ ክልተ ባህርይ ኣለዎ ዝብሉ ሥርዓት ዘይብሎም ኣብ ኬልቄዶን ዝተኣከቡ ሰባት እዚኣቶም ኣእምሮ ዘይብሎም ሃይማኖት ዝለወጡ እዮም። ምኽንያቱ ንፈጣሪና ኣማኑኤል ናብ ክልተ ባህርያት ናብ ክልተ ኣካላት ናብ ክልተ ገጻት ክኸፍልዎ ኣይግባእን እዩ።
፳፯ ወኮሉ ዘይሔሊ በዝንቱ ሕሊና ወተሰነዐወ ምስለ ዝንቱ ጉባኤ ምኑን ወርኩስ ዘይቤ ዘንተ ንባበ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ከመ መጽሐፈ ሐሰት ዘአልቦቱ ሕግ ዘተሰነዐወ ምስለ ንስጥሮስ ርኩስ ዘውእቱ ልዮን ዐላዊ ወተዐዳዌ ቃለ ትምህርተ አበው ርቱዕነ ሃይማኖት እስመ ዝንቱሰ ይብል በመጽሐፉ ርኩሰት እስመ ለለ፭ዱ ህላዌያት ይገብር ዘይሰነዐዎ እምድኅረ ተዋሕዶ እስመ ሥጋሰ ይገብር ግብረ ሥጋ ቃልሂ ይገብር	27. ምስቲ ድኅሪ'ቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ነዚ ክሕደት'ዚ ዝመሃረ ጽሉእን ንቑፍን ጉባኤ ዝሓበረ ኮኑ፣ ምስ ከሓዲ ንስጥሮስ ከምዝተሓባበረን ሕጊ ከምዘይብሉን መጽሓፍ ሓሶት እዩ። እዚ ድማ ኑቲ ርቱዓነ ሃይማኖት ኣቦታት ዝመሃርዎ ትምህርቲ ዝለወጠ መናፍቕ ልዮን እዩ። ምኽንያቱ እዚ ከሓዲ ልዮን ኣብታ ርኽሰቲ መጽሓፉ፡ 'ድኅሪ ተዋሕዶ ነፍሲ ወከፍ ካብ ባህርያት ዘዝሰማምየ ሥራሕ ይሠርሕ፣ ሥጋ ሥራሕ ሥጋ ይሠርሕ፡ ቃል ድማ ሥራሕ ኣምላኽ ይሠርሕ፣ ቃል ተኣምራት ይገብር፡

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፱ ፡ ፻፲

ግብረ መለኮት ወለሊሁ ይገብር መንክራተ ወሥጋሂ ይገብር ግብራተ ምኑናተ ወትሐኑታተ ወይትዌከፍ ሕማማተ።

፳፰ ወለዘይቤሉ እሎንተ ቃላተ ቤተ ክርስቲያነ እግዚአብሔር ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ታወግዞሙ ወትሰድዶሙ ወታርሕቆሙ እምኔሃ ወንሕነሂ ንሰድዶሙ ወናርሕቆሙ እምኔነ ወንረግሞሙ ወንሜንን ኵሎ ቃላቲሆሙ ወቃላተ ኵሎሙ አርሲሳን ዓላውያን ፀራፍያን ላዕለ እግዚአብሔር።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፲ ክፍል ፪

፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ ሱትትዩ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ጎበ አባ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወምሥራቅ አውሥኦተ መልእክቱ ዘተፈነወ ጎቤሁ በ፲፱፱ወ፩ዱ እምዓመተ ሰማዕታት ንጹሐን ንሕነሰ ነአምን ወንትአመን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዕሩያን በ፩ዱ መለኮት ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እጐዛን በጽምረተ አሐቲ መለኮት እንዘ ፩ዱ መንግሥት ወ፩ዱ እግዚአብሔር ወ፩ዱ ህላዌ ወአሐቲ ስብሐት ወአሐቲ ሥልጣን ወክሂል ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት።

፪ በከመ አጽንዐነ ወመህረነ አብ ክቡር ሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሀገረ እግዚአብሔር አንጾኪያ በትምህርታቲሁ ብሩህት ወምኩሓት እንዘ ይብል ከመዝ ንሕነሰ ነአምን ከመ እግዚአብሔር አብ ፩ዱ ውእቱ ወንትአመን ዓዲ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ በእንቲአነ ፩ዱ ውእቱ ኢይትከፈል ወኢይትዌለጥ ውእቱ ክመ እምቅድመ ትሥጉቱ ወውእቱ ዓዲ ክመ እምድኅረ ተዋሕዶቱ በሥጋ ፩ዱ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ማሕየዊ ።

፫ ነአምን በ፫ቱ አካላት ፍጹማን ወበ፫ቱ ገጻት ፍጹማን ዕሩያነ መልክዕ አኮ ዘየሐጽጽ ፩ዱ እምካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ በስብሐት ወክብር ወበልዕልና ውበርሃን አላ ዕሩያን እሙንቱ ወበ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወአሐቲ ስብሐት ወአሐቲ ስግደት ወአሐቲ

ዘሱኑትዩ ም፡ 109 ፡ 110

ሥጋ ውን ናአሸቱ ሥራሓት ይሠርሕን መከራ ይቐበልን' በለ።

28. ኑዮም ነዘን ቃላት እዚኣተን ዝዛረቡ፡ እታ ሓዋርያት ዝኣኩብዋ ማኅደረ እግዚአብሔር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኣውጊዛ ካብኣ ትፈልዮም። ንሕና ውን ካባና ፈሊና ንሰዶምን ንረግሞምን። ንኾሉ ነገሮምን ንነገር ኾሎም እቶም ንእግዚአብሔር ዝኸሓዱ ተረርቲ ልብን መናፍቓንን ንነቅፍ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 110 ክፍሊ 2

1. ብ751 ዓመት ካብ ዘመነ ንጹሓን ሰማዕታት ፡ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ሱንትዩ ነቲ ናብኡ ዝተላእኸ መልእኽቲ መልሲ ጌሩ ናብ ናይ ኣንጾኪያን ስልቅን ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዲዮናስዮስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ፡ ንሕናስ **ብኡብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ነኣምንን ንትኣማመንን ኢና። ሥላሴ ብሓደ መለኮት ሓደ እየ።ም። እዞም ሠለስተ ኣካላትን ሠለስተ ገጻትን፡ ሓደ መንግሥቲ፡ ሓደ ጐይትነት፡ ሓደ ባህርይ፡ ሓደ ክብሪ፡ ሓደ ሥልጣን፡ ንኾሉ ፈጢርካ ብምኽኣል ሓደ ክኸውን ከሎ። ብሓድነት ሓንቲ መለኮት ሓደ እዮም ።

2. ከምቲ እቲ ናይ ሃገረ እግዚአብሔር ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ኣቦ ሳዊሮስ በቶም ፍሉጣትን ዘሐጉሱን ዘሐብኩን ትምህርታቱ ዝመሃረናን ዘጽንዓናን ከምዚ ክብል ፡ ንሕናስ እግዚአብሔር **አብ** ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን፣ ምእንታና ሰብ ዝኾነ ወልደ እግዚአብሔር ቃል ውን ሓደ ከምዝኾነ ነኣምን፡ ኣይክፈልን እዩ ኣይልወጥን እዩ፡ ቅድሚ ሰብ ምኹኑ ኾሉ ሳዕ ሓደ እዩ፡ ድኅሪ ሥጋ ምውሓዱ ውን ሓደ እዩ ምስኡ ዘሎ ካልኣይ የልቦን፣ ቡቲ ዘድኅን ሣልሳይ ኣካል ብመንፈስ ቅዱስ ውን ነኣምን።

3. ቡቶም ብመልክዕ ሓደ ዝኾኑ ሠለስተ ፍጹማን ኣካላትን ሠለስተ ፍጹማን ገጻትን ንኣምን። እቲ ሓደ ካብቲ ካልኣይ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ካብቲ ሣልሳይ ብጉይትነት ብኽብሪ ብልዕልናን ብብርሃንን ዝንእስ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብሓደ መለኮት ብሓደ ባህርይ ብሓንቲ ክብሪ ብሓንቲ ምስጋና ብሓንቲ ስግደት ብሓንቲ ኣገዛዝኣ ማዕረ ሓደ እዮም ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
ምልክና ወከመዝ ይእመኑ ሰብእ ምእመናን በዝንቱ ሃይማኖት።	ብከምዚ እቶም ምእመናን ሰባት በዚ ሃይማኖት እዚ ይእመኑ ።
፬ ነአምን በአብ ከመ ቦቱ ሥርዓተ አብና ውእቱ ቀዳማዊ እንበለ ጥንት ወኢይትረከብ ሀልዎቱ እምኀበ ወኢምንት ውእቱ ወውእቱ ህልው ወላዲ ወኢተወላዲ ውእቱ ወነአምን በወልድሂ በሥርዓተ ወልድና ኢኮነ አበ ወኢመንፈሰ ቅዱስ አላ ተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወነአምን ዓዲ በመንፈስ ቅዱስሂ ከመዝ በሥርዓተ መንፈሰ ቅዱስና ኢኮነ ወላዴ ወኢተወላዴ አላ ሠረፀ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል እሉ ፫ቱ አካላት በበገጻቲሆሙ በኵሉ ጊዜ ዕሩያን በጥንተ ሀልዎ።	4. ሥርዓተ አቦነት ከምዘለዎ ብአብ ንአምን። ጥንቲ ዘይብሉ ቀዳማዊ እዩ፡ ካብዚ ተረኺቡ ኣይበሃልን፡ ዝነበረ ዘሎ ዝነበር እዩ ። ወላዲ እዩ፡ ኣይተወልደን። ብሥርዓተ ተወላዲነት ውን ብወልድ ንአምን። ቅድመ ዓለም ካብ አብ ተወልደ እምበር፡ አብ ኣይኮነን መንፈስ ቅዱስ ውን ኣይኮነን። ከምኡ ድማ ብሥርዓተ ሠራፂነት ውን ብመንፈስ ቅዱስ ንአምን። ቅድሚ ኵሉ ዘመን ካብ አብ ሠረፀ እምበር ወላዲን ተወላድን ኣይኮነን። እዞም ሠለስተ ኣካላት እዚኣቶም ቡብገጾም ብኵሉ ጊዜ ብቅድምና ምንባር ሓደ እዮም።
፭ አኮ ዘይቀድም ፩ዱ እምካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ አላ ህልዋን እሙንቱ በበአካላቲሆሙ ለለ፩ዱ እምኔሆሙ በ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ኃይል ወአልቦ ውስተ ቅድስት ሥላሴ ፩ዱ ዘየሐጽጽ እምነ ካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ በክብር ወበልዕልና ኢኮነ ፩ዱ ታሕተ ትእዛዘ ካልኡ ከመ ላእክ ይኩን ታሕተ ሥልጣኑ ወኢይከብር ፩ዱ እምካልኡ በክብረ መለኮት አላ ዕሩያን እሙንቱ በ፩ዱ ክብር ወበ፩ዱ ምልክና ወበ፩ዱ ስብሐተ መለኮት ወበእኂዘ ኵሉ ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት።	5. እቲ ሓደ ካብቲ ካልኣይ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብቲ ሣልሳይ (አብ ካብ ወልድ፡ ወልድ ከኣ ካብ መንፈስ ቅዱስ) ዝበልጽ ዝቕድም ኣይኮነን። ካብኣም ነፍስ ወከፍም ቡብኣካሉም ብሓደ መለኮት ብሓደ ባህርይ ብሓደ ኃይሊ ጸኒያም ደኣ ይነብሩ። ኣብ ቅድስት ሥላሴ፡ እቲ ሓደ ካብቲ ካልኣይ እቲ ካልኣይ ድማ ካብቲ ሣልሳይ (መንፈስ ቅዱስ ካብ ወልድ ወልድ ድማ ካብ አብ) ብኽብሪ ብልዕልና ዝንእስ ኣይኮነን። ከም ኣገልጋሊ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ምእንቲ ክኸውን እቲ ሓደ ነቲ ካልኣይ ዝእዘዝ ኣይኮነን። ብሓደ ክብሪ ብሓደ ኣገዛዝኣ ብሓደ መለኮታዊ ክብሪ ንኵሉ ፈጢርካ ብምግዛእን ንኵሉ ፍጥረት ብምፍጣርን ሓደ እዮም እምበር ብመለኮት ብኽብሪ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣይበልጽን እዩ ።
፮ ወአልቦቱ ለአብ ዘመን ወኢከመ መጠነ ቀጸበተ ዓይን ዘይትረከብ ዘእንበለ ወልዱ ወከመዝ ዓዲ ኢይትረከቡ አብ ወወልድ ዘእንበለ መንፈሰ ቅዱስ ወኢንብል በከመ ይቤ መቅዶንዮስ ዐላዊ አላ ዳእሙ እስመ ሥሉስ ቅዱስ ህልዋን እንበለ ጥንት ወኢተፍጻሜት ይትአመሩ በአካላት በከመ ንቤ ንሕነ ኦርቶዶክሳውያን ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ፍጹማን።	6. ንአብ ካብ ወልድ ተፈልዩ፡ ተቐዶሙ ዝነበረሉ ዝነብረሉ ዋላ ከም ቋሕ ሰም ዓይኒ ዝኣክል ጊዜ እኳ የብሉን። ከምኡ ውን አብን ወልድን ካብ መንፈስ ቅዱስ ተፈልዮም ተቐዲሞም ዝነበሩሉ ዝነብርሉ ጊዜ የልቦን። ከምቲ መናፍቕ መቅዶንዮስ ዝበሎ ደኃራዊ እዩ ኣይንብልን።እኳ ደኣ ሥሉስ ቅዱስ ጥንት ዝነበሩ፡ ፍጻሜ ከይሃለዎም ጸኒያም ዝነብሩ እዮም። ከምቲ ንሕና ኦርቶዶክሳውያን 'ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት ፍጹማን እዮም' ዝበልና ብኣካላት ይፍለጡ።
፯ ወባሕቱ እስመ ተዋሕዶተ ባሕርይሰ እንተ ይእቲ መለኮቶሙ ወዝንቱ ይትሌዐል እምኵሉ ንባብ ወይትዐዶ እምልቡና እስመ ሥላሴ ዕሩያን እሙንቱ በቅድምና በ፩ዱ መለኮት ወበአሐቲ መንግሥት ወበ፩ዱ ሥልጣን ወበ፩ዱ ህላዌ ወበ፩ዱ ክሂል ወበአሐዱ ሥምረት ወበ፩ዱ ትእዛዝ ።	7. ግናኸ ናይ ባህርይ ሓድነት መለኮቶም እያ እሞ፡ እዚ 'ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ' ምባል ብቓል ካብ ምዝራብን ብልቢ ካብ ምምርማርን ዝረሓቐ እዩ ። ሥላሴ፡ ብሓደ መለኮት ብሓንቲ መንግሥቲ ብሓደ ሥልጣን ብሓደ ባህርይ ብሓደ ከሃልነት (ክእለት) ብሓደ ፍቓድ ብሓደ ጕይትነት ቅድሚ ዓለም ብምንባር ሓደ እዮም ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፰ ወሶበሂ ንቤ መለኮት አው እግዚአብሔር ንብል በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ህላዌ ዘኢተፈጥረ ኢሥግው ዘኢያስተርኢ ወዘኢይትገመር ዘአልቦቱ ጥንት ወኢተፈጸሜት በከመ ንቤ ቅድመ ፈጣሬ ኵሉ ወገባሬ ኵሉ ወከሀሊ ላዕለ ኵሉ ዘያገምር ኵሎ ወይእኅዝ ኵሎ ወይሬኢ ኵሎ ዘእምኔሁ ኮነ ኵሉ ግብር ዘተፈጥረ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ እለ እሙራን በ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንበለ ቱሳሔ ወኢፍልጠት በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት እንበለ ተከፍሎ ወኢፍልጠት ወኢውላጤ በከመ አቅደምነ ወንቤ እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ዱ ።	8. ‘መለኮት ወይ እግዚአብሔር’ ኣብ እንበለለሉ ጊዜ፥ ብዛዕባ እቲ ዘይተፈጥረ ግዘፍ ዘይብሉ ዘይርኢ ዘይውሰን ጥንቲ ፍጻሜ ዘይብሉ ባህርይ ዝኾነ **ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ንዛረብ ኣሎና። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ንኵሉ ዝፈጠረ ንኵሉ ዝገበረ ኵሉ ዝኾእል ንኵሉ ውን ዝውሰን ንኵሉ ፈጢሩ ዝገዝእ ንኵሉ ዝርኢ ኵሉቲ ዝርአን ዘይርአን ዝተፈጥረ ፍጥረት ካብኡ ዝተረኽበ፡ ብዘይ ምፍላይ ብዘይ ምልዋጥ ብሓደ ባህርይ ዝተፈልጡ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት ብዘይ ምኽፋል ብዘይ ምፍላይ ብዘይ ምልዋጥ ብሓደ መለኮት ጽኑዓት እዮም። ከምቲ ኣቐዲምና ‘ሓደ ክኾኑ ከለዉ ሠለስቱ፡ ሠለስተ ክኾኑ ከለዉ ድማ ሓደ እዮም’ ዝበልናዮ እዩ ።
፱ በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ ቴዎሎጎስ እስመ ምሥጢረ መለኮትሰ ይትከፈል ወኢይትከፈል ይትከፈሉ በኣካላት ወበገጻት ወኢይትከፈሉ ወባሕርየ ፩ዱ መለኮት ወሶበሂ ንቤ ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ አኮ ዘያበጥል ላዕሌነ ተሰምዮተ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እስመ ለለ ፩ዱ እምአካላት ህልዋን እሙንቱ በበአካላቲሆሙ ፍጹማን በኵሉ ጊዜ ውብሂለ ፫ቱ አካላትሰ አኮ ዘይከፍል ላዕሌነ መለኮተ ውብሂሎትነሰ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ ዝኬ ውእቱ እምነቶሙ ለቀደምት ወለደኃርት ወእምነተ ሰማያውያን ወምድራውያን ውእቱ ዘእሙር እም፪ቱ ዖታ ህላዌ ዘውእቱ ቃሉ ወመንፈሱ እንዘ ፩ዱ ፫ቱ ፩ዱ አምላክ ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት በከመ ንቤ ንሕነ ኦርቶዶክሳውያን።	9. ሓድነትን ሠለስትነትን ዝመሃረ ጎርጎርዮስ ከምዝበሎ፥ ምሥጢረ መለኮት ይኽፈል እዩ፡ ኣይክፈልን ድማ እዩ፣ ብኣካላት ብገጻት ይፈላለዩ፡ ብባህርየ ሓደ መለኮት ግና ኣይክፈሉን እዮም። ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ እንተበልና፡ ነቲ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት እዮም ምባል ዘፍርሰልና ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነፍሰ ወከፍ ካብ ኣካላት ብኵሉ ጊዜ ፍጹማን ዝኾኑ በብኣካሎም ጸኒዖም ይነብሩ። ሠለስተ ኣካላት ምባል ነቲ ሓደ መለኮት ዝኸፈለልና ኣይኮነን።‘ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንኣምን’ ምባልና፥ እዚ ናይ ነቢያትን ሓዋርያትን እምነት፡ ከምኡ ውን ናይ ሰማያውያን መላእክትን ምድራውያን ሰባትን እምነት እዩ። ካብ ክልቲኦም ወገናት ዝተላዕለ ፍሉጥ እዩ፣ እዚ ድማ ቃሉን እስትንፋሱን እዩ። ሓደ ክኾኑ ከለዉ ሠለስቱ እዮም፡ ሓደ ኣምላኽ ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት እዮም። ከምቲ ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ንብሎ ።
፲ ይቤ ንጹሕ አትናቴዎስ በዓለ ነቅዐ ማየ ሕይወት በድርሳኑ ዘተናገረ ባቲ በእንተ ሃይማኖት እንዘ ይብል ከመዝ ነአምን ወንትአመን ከመ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዕሩያን ምስለ አብ ወኮሉ ዘኢየአምን ወኢይትአመን ከመዝ ከመ ሥላሴ ፩ዱ መለኮት ወ፩ዱ ህላዌ ወእሙንቱ ዕሩያን በቃል ወበምግባር ውጉዘ ለይኩን ሶበሰ ሀሎ ህላዌ እንበለ ኣካል ወኣካልሂ እንበለ ህላዌ በከመ ቃሎሙ ለሰብእ ዐላውያን አብዳን ፀራፍያነ ጽድቅ እምኢኮነ ዝንቱ ግብር መንክረ ወዕፁብ።	10. ምንጪ ምሥጢር ንጹሕ ኣትናቴዎስ ነገረ ሃይማኖት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ ‘ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስ **ኣብ** ማዕረ ከምዝኾኑ ንኣምንን ንተኣማመንን ኢና። ሥላሴ፥ ሓደ መለኮትን ሓደ ባህርይን ከምዝኾኑ፡ ከምኡ ውን ብቃልን ሥራሕን ሓደ ከምዝኾኑ ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ዘይተኣማመን ኵሉ ውጉዝ ይኹን። ባህርይ ብዘይ ኣካል፡ ኣካል ድማ ብዘይ ባህርይ ዝነብር እንተ ዝኸውንሲ፥ ከምቲ ነቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝኸሓዱ ዓያሹ መናፍቓን ሰባት ዝብልዎ እዚ ነገር’ዚ ረቂቅ ግሩም ኣይምኾነን ነይሩ።
፲፩ ወባሕቱ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንትአመን ከምዝ ወንብል ለኵሉ ዘይፈቅዶ አብ	11. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ‘ነቲ **ኣብ** ዝፈትዎ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይፈትውዎ፡ ነቲ ወልድ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
ይፈቅድዎ ወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወለዘይፈቅዶ ወልድ ይፈቅድዎ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወለዘይፈቅዶሂ ዓዲ መንፈስ ቅዱስ ይፈቅድዎ አብ ወወልድ ወኢንብል በእንተ መለኮተ ቅድስት ሥላሴ ፭ዱ አካል ወዘንተ ሶበ ንቤ ንትሜሰል ከመ አይሁድ እለ ይሰልብዎ ንባቦ ወሕይወቶ እለ አልቦሙ አምላክ ወንትሜሰል ዓዲ ከመ ሰባልዮስ ረሲዕ ዘይሬሲ ቅድስተ ሥላሴ ፭ደ አካለ በዕልወቱ ወዓዲ ንትኄለቀ ከመ ማኒ ርኩስ ዘይቤ በንባቡ መሰንት ከመ አምላከ እስራኤል ነባቢ በብሉይ እኩይ ውእቱ ወአምላክሂ ዘነበበ በሐዲስ ኄር ውእቱ ።	ዝፈትዎ ውን አብን መንፈስ ቅዱስን ይፈትውዎ፡ ከምኡ ውን ነቲ መንፈስ ቅዱስ ዝፈትዎ አብን ወልድን ይፈትውዎ' ንብል። ናይ ቅድስት ሥላሴ ባህርይ ሓደ እዩ ስለዝበልና ሓደ ኣካል እዩ ኣይንብልን። ነዚ እንተበልና ነቶም ኣምላኽ ዘይኮደሮም ቃሉን እስትንፋሱን ዝሰኣንዎ ኣይሁድ ንመስል። ከምኡ ውን ነቲ ብክሕደቱ 'ንቅድስት ሥላሴ ሓደ ኣካል' ዝበለ ሰባልዮስ ንመስል። እንደገና ኸኣ ምስቲ በታ ርኽስቲ ክሕደቱ 'ብሉይ ዝሥርዐ ኣምላኽ እስራኤል ክፋእ እዩ፡ሓደሽ ዝሥርዐ ኣምላኽ ግና ለዋህ እዩ' ዝበለ መናፍቕ ማኒ ንቑጸር።
፲፪ ወሶበሂ ንብሎ ለፈጣሪ ፭ዱ አካል ውእቱ እምተብህለ አምሳሊሁ ለፀሐይ ውእቱ ወሶበሂ ተብህለ ከመ ቦቱ ፪ቱ አካላት እምተብህለ መሰልዎ በያታ ዘያስተርኢ ቦቱ ሰብእ እምነፍሰ ወሥጋ ወሶበሂ ንብል ፬ተ አካላተ ንወፅእ እምሃይማኖት ወንበጽሕ ኀበ መጣዕውያን ወዐላውያን ወባሕቱ ለነሰ ለመሢሓውያን ባህልነ ወእምነትነ በፈጣሪ ልዑል ወበሩክ ከመዝ ውእቱ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ ሥምረት ወአሐቲ ፈቃድ ዘከመ ንቤ ቅድመ ።	12. ከምኡ ውን ንፈጣሪ ሓደ ኣካል እዩ እንተበልና፡ ከም ፀሐይ እዩ ምስተባህለ ነይሩ። ክልተ ኣካላት እንተተባህለ ኸኣ በቲ ሰብ ካብ ሥጋን ነፍስን ተረኺቡ ዝረኣየሉ ባህርይ መሲልዎ ምስተባህለ ነይሩ። ኣርባዕተ ኣካላት እንተበልና ድማ ካብ ሃይማኖት ወፂእና ናብቶም ጣዖት ዘምልኹን መናፍቓንን ምኸድና። ናትና ናይ ክርስቲያን ትምህርትናን በቲ ክቡር ረቂቅ ፈጣሪ እንኣምኖ እምነትናን ግና ከምዚ ዝበል እዩ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት ሓንቲ ሥምረት ሓደ ፍቓድ እዩ ።
፲፫ አልቦ ምንትኒ ዘይመስሎ ለፈጣሪ በውስተ ኵሉሙ ፍጡራን ዘይትሌዐል እምንባብ ወዘኢይትከህል ተሐትቶ በእንቲአሁ ወኢይክሉ አእምሮቶ ኵሉ ፍጥረት ዘመልዕልት ወዘመትሕት ይርከቡ ዘንተ ምሥጢረ ዓቢየ ወዘንተ ግብረ መንክረ ወባሕቱ በጸጋ እግዚአብሔር ዘጎዱር ላዕሌነ በምሕረቱ ኪያነ ወሥናይቱ ለነ አእመርነ ዘንተ እምአበው ንጹሓን ወለበውናሁ በነቢያት ኄራን ወፀዋርያነ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ።	13. ካብ ኵሎም ፍጡርን ንፈጣሪ ዝመስሎ ዋላ ሓደ የልቦን። ካብ ምዝራብ ዝረኃቐ እዩ፡ ንምምርማር ዘይድፈር እዩ። ኵሎም ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ፍጥረታት ነዚ ረቂቕ ምሥጢርን ነዚ ግሩም ሥራሕን መርሚሮም ክፈልጥዎ ኣይክእሉን እዮም። እንተኾነ ግና በቲ ኣባና ኃዲሩ ዘሎ ለውሃት እግዚኣብሔር፡ በቲ ንኣና ይቕረ ምባሉን ንኣና ሠናይ ግብሩ ብምሥራሑን ካብ ንጹሓን ኣቦታት ተማሂርና ነዚ ፈለጥና፡ ብትምህርቲ ናይዮም እምነት ቅድስት ክርስቲያን ዝመሃሩ ዓበይቲ መምህራን ውን ተረዳእና።
፲፬ ወንሕነሰ ንትዌከፍ ትምህርታቲሆሙ ዘመሀሩነ ወነአምን ቃላቲሆሙ ዘተፈነወ ለነ እምኔሆሙ ወእኁዛን በትምህርትነ ዘተምህርነ ወጸኑዓን ንሕነ እንበለ ተወላውሎ ወንትአመን ከመ ዝንቱ ውእቱ መድኃኒትነ ወባላሒነ ወደምሳሴ አበሳነ ወኃጣውኢነ በእንተ ዘረከብነ ጥምቀተ በቅድስት ሥላሴ ወዓዲ ናወግዝ እለ ኢየአምኑ ወኢይትአመኑ በዘጸሐፍናሁ ንሕነ በእንተ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት ።	14. ንሕና ውን ነቲ ዝመሃሩና ትምህርታቶም ንቕበል ። ነቲ ካብኡም ተተኽኒዙ ዝመጸና ቃላቶምን ውን ንእምን። በቲ ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ ተጠንቂቕና ብዘይ ውልውል ጸኒዕና ንነብር። ብስም ሥላሴ ስለ ዝተጠመቕና ውን እቲ ደምሳሲ ዕዳ በደልና ኣድኃኒና መድኃኒና ንሱ ከምዝኾነ ንእምን። ከምኡ ውን ስለ እታ ቅንዕቲ ሃይማኖት 'ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢልና' ዝጸሓፍናዮ፡ ዘይእምኑን ዘይተኣማመኑን ኵሎም ኣውጊዝና ክንፈልዮም ኢና።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፲፭ ወይእዜኒ ንዜክር ዝየ ጎዳጠ እምነ ብዙኅ ስምዓት ድኅረ ነገርነ እመጻሕፍተ ስንዕ ዘብሊት በእንተ ቅድስት ሥላሴ ገሃደ በረድኤቱ ለእግዚአ ስብሐት ወልዑል ወቅድመ ኵሉ ከሠተት በእንተ ቅድስት ሥላሴ በከመ እምነቶሙ ለኦርቶዶክሳውያን መጽሐፉ ለሙሴ ሊቀ ነቢያት እንዘ ትብል በእንተ እግዚአብሔር ሎቱ ስብሐት ናሁ አዳም ኮነ ከመ ፩ዱ እምኔነ ወዘንቱ ንባብ ይመርሕ ላዕለ ምሥጢረ ሥላሴ ቅድስት ወዓዲ ከሠተት ከመ ፫ቱ አካላት ወፀዱ መለኮት ውእቱ ይቤ አብርሃም ለ፫ቱ ዕደው እለ ቆሙ ቅድሜሁ ጊዜ ቀትር እመሰ ኮንከ ትኔጽረኒ በዓይነ ምሕረትከ ኢትትዓደዎ ለገብርከ ወኮነ አብርሃም ይኔጽር ፫ተ ዕደወ ወነገሮሰ ረሰየ ለፀዱ ወዓዲ ይቤሎ እግዚአብሔር ለሙሴ አነ ውእቱ አምላከ አብርሃም ወአምላከ ይስሐቅ ወአምላከ ያዕቆብ ወካዕበ ይቤሎ አነ እግዚአብሔር አምላክከ አምላክ ፩ዱ። ዘፍ ፫፡፳፪፤ ፲፰፡፩- ፬ ። ዘፀአ ፮፡፬ ። ማቴ ፳፪፡፴፪ ። ፲፮ ወእመዝ ሶበ ጎለፈ መዋዕል ወቦአ ዘመን ተጠየቀ ቃል ፈድፋደ እምዝንቱ ባህል ዳዊትኒ ነቢይ ይቤ በቃለ እግዚአብሔር ተፈጥሩ ሰማያት ይብል ዘንተ በእንተ ወልድ ወእምእስትንፋሰ አፉሁ ኵሉ ኃይሎሙ ይብል በእንተ መንፈስ ቅዱስ ። መዝ ፴፫(፴፪)፡፮-፲፩ ።	15. ብረድኤት እቲ ልዑል ክቡር ጕይታ ክብሪ ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ ካብ ዝሰማምየ መጻሕፍተ ብሉያት ኣዋጺእና ብግልጺ ድጎሪ ምንጋርና፥ ካቡቲ ብዙኅ መሰካኽር ንውጉድ ኣብዚ ንዛረብ። ቀድሚ ኵሉ መጽሓፉ ናይ ሊቀ ነቢያት ሙሴ፥ ክብሪ ይብጽሓዮ እምበር ናይ እግዚኣብሔር ነገር ክትዛረብ ከላ፥ 'ኣዳም ከም ሓደ ካባና ኮነ' ብምባል ከምቲ ኦርቶዶክሳውያን ዝኣምንዎ ናይ ቅድስት ሥላሴ ነገር ኣረዲኣ ኣላ። እዚ ኣነጋግራ'ዚ ውን ናብ ቅድስቲ ምሥጢር ሠለስትነት ዝመርሕ እዩ። ደጊማ ድማ ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ድማ ሓደ ከምዝኾኑ ኣረድኣት፥ ኣብርሃም ነዞም ቀትሪ ኣብ ቀድሚኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ ሠለስተ ሰባት 'ብዓይኒ ምሕረትካ እንተርኢኻንስ ንባርያኻ ሸለል ኣይትበሎ' በለ። ኣብርሃም ሠለስተ ሰባት ይርኢ ነይሩ ግና ክዛረብ ከሎ ንሓደ ሂቡ ተዛረቡ። ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ንሙሴ 'ኣነ ናይ ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ኣምላኽ እየ፥ ከምኡ ውን ኣነ ፈጣሪኻ እግዚኣብሔር ሓደ ኣምላኽ እየ' በሎ። (ዘፍ. 3፡22። 18፡1- 4። ዘፀ. 6፡4። ማቴ 22፡32። 16. ድጎሪ ጊዜ፥ ዘመነ መሳፍንት ኃሊፉ ዘመነ ነገሥት ምስ በጽሑ፡ ናይ ሓድነትን ሠለስትነትን ነገር ካብዚ ቃልዚ ተረድኣ፣ ነቢይ ዳዊት ውን 'ብቃል እግዚኣብሔር ሰማያት ተፈጥሩ' በለ። እዚ ብዛዕባ ወልድ ተዛረበ፣ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ውን 'ኵሉ ኃይሎም ብእስትንፋስ ኣፉ ተገብረ' በለ። መዝ 33(32)፡5-11። 17. ከምኡ ድማ ክልተ ሚእቲ ዓመት ምስ ኃለፈ፥ ብኣፍ እቲ ድምፁ ኣብ ኵሉ ዝበጽሕን ኣብ መንጎ ነቢያት ልሳኑ ዝተሣሕለን ነቢይ ኢሳይያስ ጎደት ተገልጸ። ንሱ ንኣካላት ሠለስተ ኢሎም ከመሰግኑን ንመለኮት ሓደ ኢሎም ከኽብሩን፡ መዓልትን ለይትን ዓው ኢሎም እናመስገኑ ካብ ኪሩባውያን ንዝሰምየ ከረድእ ከሎ፥ 'ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኣሸናፊ እግዚኣብሔር ምሉእ ኵሉ ምስጋናኻ ፈጺሙ ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ' እናበሉ የመሰግኑ በለ። ሠለስተ ጊዜ 'ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ' ምባሉ ናይ ኣካል ሠለስትነት የረድኣ። 'ምስጋናኻ' ምባሉ ድማ ናይ ሓደ እግዚኣብሔር ምሥጢር ናይ ሓድነት ባህርይ የረድኣ። ኢሳ. 6፡1-4።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፲፰ ዘዘንተ ንቤ በአኅፅሮ እመጽሐፈ ብሊት ዓዲ ዘንብል ዘየኅትሞ ለብሉይ ዘውእቱ ዘመጽአ በሐዲስ ውእቱ ክርስቶስ መድኃኒነ እስመ ይቤ ፩ዱ እመምህራን በእንተ መጽሐፈ ሐዲስ ውብሊት ቀዳማዊ ያጤይቅ በእንተ ደኅራዊ ወደኅራዊኒ ይፈጽሞ ለቀዳማዊ ቀዳማዊስ መሠረተ ሕንፃ ውእቱ ወደኅራዊኒ ፍጻሜሁ ውእቱ ወማኅተሙ ወእሉ ፪ሆሙ ስንሰላን ወሰንፅዋን ወልጹቃንበይናቲሆሙ ወጽጹቃነ ቃል ለዘፈነዎሙ ወፀዱ ውእቱ ቃሎሙ ወእምፀዱ ቃል እሙንቱ ወእምፀዱ ነባቢ እሙንቱ ዘውእቱ ፩ዱ አምላክ ፈጣሬ ኵሎሙ ፍጡራን ወገባሬ ኵሉ ግብራት በቃሉ ሎቱ ስብሓት። ዮሐ ፩:፩-፲፬። ዕብ ፲:፩-፲።	18. ካብ መጽሓፈ ብሉይ ብሓፂሩ ነዚ በልና። ከምኡ ውን ብዛዕባ እቲ ንቃል ብሉይ ዝፍጽሞ ንነግር። እዚ ድማ እቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝመጽአ ንሱ ኸኣ መድኃኒና ክርስቶስ እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ካብ መምህራን ብዛዕባ መጻሕፍተ ብሉያትን ሓዲሳትን ክዛረብ ከሎ ኑቲ ቀዳማይን ዳጎራዋይን የረድኣ። እቲ ዳጎራዊ ኑቲ ቀዳማዊ ይፍጽሞ' በለ ። እቲ ቀዳማዊ መሠረት ሕንፃ እዩ፣ እቲ ዳኅራዊ ኸኣ መፈጸምታኡን ማኅተሙን እዩ። እዞም ክልተ ብንባብ ዝተተኃኘዙ ብትርጓሜ ዝሰማምዑ ብምሥጢር ውን ነሓድሕዶም ዝመላልኡ እዮም። እቶም ዝዛረብዎም ውን ዘረባኦም ሓቂ እዩ። ቃሎም ውን ሓደ እዩ። ካብ ሓደ ቃል ዝተረኽቡ እዮም፡ ካብ ሓደ ተዛረቢ ውን ዝተረኽቡ እዮም። ንሱ ኸኣ እቲ ንኾሎም ፍጡራን ብቃሉ ዝፈጠረ፡ ንኾሉ ሥራሕ ውን ዝገበረ ሓደ ኣምላኽ እዩ፡ ንእኡ ምስጋና ይብጽሓዮ። ዮሓ.1፡1-14 ። ዕብ. 10፡1-10 ።
፲፱ ቅድመሰ ዘአስተርአየ ሎቱ ሥላሴ በውስተ ሐዲስ የዓቢ እምዘብሊት እስመ ብሊትሰ አርኣያ ወአምሳል ይእቲ ወመሠረት ለሐዲስ በከመ ንቤ ቅድመ ዮሐንስ ወልደ ዘካርያስ ጸያሔ ፍኖት ወመጥምቅ ሶበ መጽአ ኀቤሁ መድኃኒነ ከመ ይጠመቅ እምኔሁ በሥርዓቱ ሠናይት ለነ ወምሂሮቱ ኪያነ ገጸ መድኃኒት አኀዘ ዮሐንስ በእዴሁ ወአጥመቆ በፈለገ ዮርዳኖስ ወመንፈስ ቅዱስሂ ወረደ ላዕሌሁ ወአብሂ ከልሐ እምሰዐሊ ሰማይ እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር ወኪያሁ ሠመርኩ። ማቴ ፫:፲-፲፯። ማር ፩:፱-፲፩።	19. እቲ ኣብ ሓዲስ መጀመርታ ዝተገልጸ ሠለስትነት ካብቲ ኣብ ብሉይ ዝተራእየን ዝተነግረን ይበልጽ። ኦሪት ኣርኣያ ምሳሌ እያ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ናይ ሓዲስ መሠረት እያ። ጸራጊ መገዲ መጥምቀ መለኮት ዮሓንስ ወዲ ዘካርያስ ውን ንኣና ሠናይ ብምግባርን ይቕረ ብምባልን ዝፍጽማ ሥርዓት። መድኃኒና ብእኡ ንኽጥመቕ ናብኡ ምስ መጸ፡ ናይ መድኃኒና መፈለጥታ ኮነ፣ ዮሓንስ ብኢዱ ኃዙ፡ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ከኣ ኣጥመቖ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ተቐመጠ፣ **አብ** ከኣ ካብ ልዑል ሰማይ 'እቲ ዝፈትዎ ንመሥዋዕቲ ዝመረጽክዎ ወደይ እዚ እዩ' ብምባል ዓው ኢሉ ተዛረበ።ማቴ. 3፡10-17። ማር. 1፡3-13 ።
፳ ወእምዝ ኀተሞ ለዝንቱ ኵሉ ቃሉ ለመድኃኒነ በምሂሮቱ ለሐዋርያቲሁ ጻድቃን ወለኵሎሙ ሰብእ እምድኅሬሆሙ እንዘ ይብል ሑሩ ወመህሩ ውስተ ኵሉ ዓለም ወአጥምቅዎሙ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘአምነ ወዘተጠምቀ ይድኅን ወዘሰ ኢአምነ ወዐለወ ይደየን ዘንተ ንቤ በአኅጽሮ በእንተ እምነትነ በቅድስት ሥላሴ ፩ዱ መለኮት ሎቱ ይደሉ ስብሓት ወክብር ወሰጊድ ወቅዳሴ እምይእዜ ወእስከ ለዓለም አሜን ።	20. ብድኅሪ እዚ መድኃኒና ክርስቶስ ኑቶም ክቡራን ሓዋርያቱን ንኾሎም ብድኅሪኦም ዝተንብኡን፣ 'ኪዲ እሞ ንኾሉ ዓለም መሃሩ፡ ብስም **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ከኣ ኣጥምቕዎም፣ ዝኣመነን ዝተጠመቐን ኪድኅን እዩ፡ እቲ ዘይኣመነ ዝኾሓደ ግና ኺፍረዶ እዩ' ብምባል ምስ መሃረ፡ እቲ ቃሉ ነዚ ኮኑዚ ፈጸመ ኃተመ። ብዛዕባ እቲ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ኢልና እንኣምኖ ሃይማኖትና ብሓፂሩ ነዚ ተዛረብና። ንእኡ ጕይትነትን ክብርን ምስጋናን ስግደትን ካብ ሕጂ ክሳዕ ዘለዓለም ይግበኦ አሜን ።
፳፩ ወናሁ እንከሰኬ ዘከርነ ይእዜ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ኀዳጠ እምብዙኅ እንከሰ ንትመየጥ ወንትናገር በእንተ ትሥጉቱ ለክርስቶስ ማሕየዊት እስመ ኀዳጥ ንብብ	21. እንሆ ሎሚ ብዛዕባ ሓድነትን ሠለስትነትን ካብቲ ብዙኅ ጎደት ተዛረብና። እምበኣር ተመሊስና ብዛዕባ እታ እተድኅነን ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኳን ክንዛረብ ኢና። ምኽንያቱ ብዛዕባ እቲ ዝተጋህደን ዝተገልጸን

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
እንበይነ ግብር ግሁድ ወክሡት የአክል ለለባዊ ወያጠፍእ ምክንያተ ኑፋቄ።	ሥራሕ ነቲ ፈላጥ ለባም ሰብ ጎደት እዩ ዝእክል፡ ምኽንያተ ጥርጥር ውን የጥፍእ እዩ ።
፳፪ ወበእንተ ትሥጉቱ ለመድኀን ንብል ከመዝ ነአምን ወንትአመን ከመ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘውእቱ ቃለ እግዚአብሔር አብ ወልዱ ወፍቁሩ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ብርሃን ዘእምብርሃን አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ዘውእቱ ብርሃነ ሰብሓቲሁ ወአርአያ አካሉ ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ ዘዕሩይ ምስለ አብ በቅድምና ወበሰብሓት በክሂል ወበሥልጣን በክብር ወበልዕልና ወበመለኮት።	22. ብዛዕባ ናይ መድኀን ክርስቶስ ሰብ ምኳን ከምዚ ንብል፡ እቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ንሱ ድማ እግዚኣብሔር ቃል፡ ቅድሚ ኵሉ ዘመን ካብ አብ ዝተወልደ፡ ፍቁር ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ከምዝኾነ ንኣምንን ንተኣማመንን ኢና። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ፡ መፈለጥታ ጐይትነቱ፡ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻከሎ፡ ዝተወልደ እምበር ዘይተፈጥረ፡ ብቅድምና ብጕይትነት ብክሃሊነት ብሥልጣን ብኽብሪ ብልዕልና ብመለኮት ምስ አብ ማዕረ እዩ ።
፳፫ ወዘቦቱ ኵሉ ኮነ እምፍጥረተ ሰማይ ወዘመልዕልቴሃ ወምድር ወዘዲቤሃ እምነ አብሕርት ወአፍላጋት ወአንቅዕት ወዐዘቃት ወአድባራት ልዑላት ወአውግርሂ ትሑታት ወዘይጸብት ውስተ ማያት ወዘይትሐወሰሂ ውስተ ምድር ወያንሶሱ ወዘይሰርር ውስተ አየራት ወኵሉ እንስሳ ኢነባቢ ወካልአኒሆሙ ሰብእ ወመላእክት እምዘያስተርኢ ወኢያስተርኢ እምዘይትገሥሥ ወኢይትገሥሥ እምዘይትሐወስ ወኢይትሐወስ እምዘያንሰሐ ስሕ ወኢያንሰሐስሕ እምዘይትሌበው ወኢይት ሌበው ወዘእንበሌሁስ አልቦ ዘኮነ ወኢምን ትኒ እምኵሉ ዘኮነ።	23. ካብ ሰማይ ጀሚሩ ክሳዕ ኣብ ሰማይ ዘሎ፡ ካብ ምድሪ ጀሚሩ ውን ክሳዕ ኣብ ምድሪ ዘሎ፡ ካብ ኣብሕርቲ ወሓይዝቲ ካብ ምንጭታት ዓሞኞቲ ዓበይቲ እምባታት ክሳዕ ትሑታት ኮረብታት፡ ክሳዕ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ዝንቀሳቐሱ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝመላለሱ፡ ኣብ ኣየር ዝበሩ፡ ኵሉ እቲ ዘይዛረብ እንስሳ፡ ከምኡ ውን ብተፈጥሮ ዝመስልዎም ሰብን መላእኽትን፡ ካብ ዝርአን ዘይርአን ወገን፡ ካብ ዝድኅሥሥን ዘይድኅሥሥን ወገን፡ ካብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቀስን ወገን ዝኾነ ኵሉ ፍጥረት ብናቱ ከሃሊነት ዝተፈጥረ እዩ። ካብዚ ኵሉ ዝተፈጥረ ውን ንሱ ዘይፈጠሮ የልቦን ።
፳፬ ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኀኒትነ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ በደኃሪ መዋዕል በፈቃደ አቡሁ ኄር ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ እምሥጋሃ ወደማ ለእግዝእትነ ንጽሕት ወቡርክት እምአንስት ማርያም ድንግል በኵሉ ጊዜ እንተ ይእቲ እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም።	24. ምእንታና ምእንቲ ሰብ ንኣና ንምድኃን፡ ብፍቓድ እቲ ለዋኅ ዝኾነ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን፡ ቡቲ ደኃራዋይ ዘመን ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብታ ኵሉ ሳዕ ድንግል ዝኾነት ካብ ኣንስቲ ዝያዳ ዝኸበረት ካብ ዘርኢ ኣብርሃምን ዳዊትን ዝተረኽበት እመቤትና ንጽሕት ማርያም ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ሰብ ኮነ።
፳፭ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወእንዘ ይትዋሐድ በሥጋ እምአመ አብሠራ ገብርኤል ሊቀ መላእክት ዘተአምነ ላዕለ ዝንቱ ምሥጢር ዘተፈነወ እምኀበ እግዚአብሔር ወይቤላ ለድንግል እግዚአብሔር ምስሌኪ ወነበረ በተፀንሶ ውስተ ከርሣ ተዓጊሦ ፱ተ አውርኀ ወወለደቶ ለአምላክ ከዊኖ ሰብአ ፍጹመ።	25. ካብቲ ነዚ ምሥጢርዚ እሙን ኮይኑ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ገብርኤል ንድንግል ‘እግዚኣብሔር ካባኺ ሰብ ክኸውን እዩ’ ክብል ዘብሥራ ጀሚሩ ሥጋ ተዋሒዱ ነባቢት ለባዊት ነፍስ ዘለዎ ፍጹም ሰብ ኮነ። ተፀኒሱ ውን ቀልጢፈ ክውለድ ከይበለ ትሸዓተ ወርኀን ኃሙሽተ መዓልትን ኣብ ማኅፀና ገበረ። ንሳ ንኣምላኽ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ወለደቶ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፳፮ ዘከመ ብሥራቱ ለዮሐንስ ቴዎንሎስ ወልደ ነጐድጓድ እስመ ተሰምየ ወልደ ነጐድጓድ በእንተ ልዕልና ልሳኑ ወፍጻሜ ቃሉ ዘይቤ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ውስቴትነ ወርኢነ ስብሐቲሁ ፍጹመ በኵሉ ግብር እንተ ዘመለኮታዊ ወትስብእታዊ ወዕሩይ ስብሓቲሁ ምስለ አቡሁ ከመ ስብሐተ ወልድ ዋሕድ ዘውስተ ሕፅነ አቡሁ ዘምሉእ ጸጋ ወጽድቀ ወሞጉሰ። ዮሐ ፩:፩-፲፬ ። ሮሜ ፭:፪-፲፩።	26. ከምቲ ወዲ ነጐድጓድ፡ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ዮሓንስ ዝመሃሮ፡ ‘ቃል ሥጋ ኮነ ኣባና ውን ኀደረ፡ ነቲ ብኾሉ ሥራሕ ኣምላኽነትን ሰብነትን ፍጹም ዝኾነ ጕይትነቱ ርእና፡ ጕይትነቱ ውን ከም ሓደ ወዲ ማዕረ ኣቦኡ እዩ፣ በጃ ምኻን፡ ኃጢኣት ምስትሥራይን ኣተዓራቒነትን ናቱ እዩ’ ብምባሉ ቡቲ ፍጹም ቃሉን ረቂቕ ትምህርቱን ‘ወልደ ነጐድጓድ’ ተባህለ። ዮሓ. ፩፡1-14 ። ሮሜ 5፡2-11 ።
፳፯ ቀዳማዊ ተዋሐደ በደኃራዊ ዘኢያስተርኢ አስተርአየ ወዘኢይትገሠሥ ተገሠ ይእዜ በአእዳው ወልዑል ኮነ ትሑተ ወረቂቅ ኮነ ገዚፈ ዘአልቦቱ መዋዕል ኮነ ታሕተ መዋዕል አምላክ ኮነ ሰብአ ቀዳማዊ ኮነ ደኃራዊ ወውእቱ አስተርአየ ለነ በሥጋ ዘነበረ ቀድመ እንዘ ኢያስተርኢ ቦቱ ወተዋሐደ ድኅረ ምስሌሁ በመንክር ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወዘኢይትፈከር።	27. እቲ ቀዳማዊ ቃል ንደኃራዊ ሥጋ ተዋሓደ። እቲ ዘይርአ ተራእየ፡ እቲ ዘይድኅሠሥ ውን ሎሚ ብኢድ ተዳኀሠሠ፡ እቲ ልዑል ትሑት ኮነ፡ እቲ ረቂቅ ግዙፍ ኮነ፡ ዘመን ዘይቁጸረሉ ዘመን ተቐጽረሉ፡ ኣምላኽ ሰብ ኮነ፡ ነቲ ቀዳማዊ ደኃራዊ ኮነ፡ ንሱ ውን እቲ ቅድም ዘይርአ ዝነበረ ደኃር ብዘይንገርን ብዘይምርመርን ተዋሕዶ በቲ ዝተዋሕዶ ሥጋ ተራእየና።
፳፰ ይቤ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በውስተ መጽሐፉ ዘተናገረ በእንተ ልደት ዮም ንስብሐ ለክርስቶስ ዘተወልደ ለነ በሥጋ ወኮነ ዐራቂ ወአግዐዘነ እምተቀንዮተ ዲያብሎስ መሪር ወሙሱን ወዓዲ መሀረነ እንዘ ይብል እስመ ፪ቱ ህላዌያት ተዋሐዱ በከርሠ ድንግል ንጽሕት ወቅድስት ወቡርክት ማርያም እግዘእትነ ወወለደቶ በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ወበ፩ዱ ፈቃድ ወበ፩ዱ አርአያ ወ፩ዱ ሥምረት ወበጠለ ዝክረ ፪ቱ ህላዌያት በተዋሕዶ ዘኢይትነገር እንበለ ውላጤ ወኢሚጠት ወኢተዘርዎ ወኢሁከት ወኢቱስሕት ወኢትድምርት ዘእንበለ ፍልጠት ወኢሙስና አላ ተዋሐደ ተዋሕዶ ህላዌያዌ ከመ ተዋሕዶተ ነፍስ ወሥጋ ወዘተወልደ እምኔሃ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ወውእቱ መድኃኒሆሙ ለሕዝቡ እምኃጣውኢሆሙ ወለሊሁ ውእቱ ዐማኑኤል አምላክነ ፩ደ ህላዌ ዘኮነ እም፪ቱ ህላዌያት ወኮነ ፩ደ አካለ በተዋሕዶ። ማቴ ፩:፳፩-፳፬።	28. ቅዱስ ጎርጎርዮስ ውን ነገረ ልደት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ፡ ‘ ሎሚ ነቲ ብሥጋ ዝተወልደልናን ኣተዓራቒ ዝኾነናን፡ ካብቲ ዝጕድእን ዘጎዝጎን ኣርዑት ዲያብሎስ ናፃ ዝገበረናን ክርስቶስ ነመስግኖ’ በለ። ከምኡ ውን ‘እቶም ክልተ ባህርያት ኣብ ማኅፀን እታ ንጽሕት ቅድስት ቡርክት እመቤትና ማርያም ተዋሓዱ። ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ መልክዕ ሓደ ፈቓድ ሓደ ሥምረት ኮይኑ ወለደቶ’ ክብል ምሃረና። ቡቲ ምልዋጥ፡ ባህርይ ምጎዳግ ምኽፋል ምህዋኽ ምድብላቅ ምትሕውዋስ ምፍልላይ ፈጺምካ ጥፍኣት ዘይብሉን ዘይንገርን ተዋሕዶ ክልተ ባህርያት ኢልካ ምጽዋዕ ፈጺሙ ተረፈ ። ከም ተዋሕዶ ነፍስን ሥጋን ውን ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ተዋሓደ። እቲ ካብኣ ዝተወልደ ውን እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ነቶም ሕዝቡ ውን ካብ ኃጢኣቶም ዘድኃኖም ንሱ እዩ። ብተዋሕዶ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ባህርይ፡ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል ዝኾነ ኣምላኽና ኣማኑኤል ንሱ እዩ’ ክብል ምሃረና ። ማቴ. ፩፡21-24 ።
፳፱ በከመ ይቤ ትሩፍ ሠናየ ግዕዝ ወበሊሐ ልሳን ወልቡና መምህር ቁርሎስ በመልእክቱ ቀዳማዊት እንተ ጸሐፋ ወፈነዋ ኀበ ሰብአ ሱክንሲስ ወበእንተዝ ዐቀባ ለድንግል ንጽሕት ማርያም እንዘ ኢያርኁ ማኅተመ ድንግልናሃ	29. ከምቲ እቲ በዓል ፍጹም ሠናይ ግብሪ፡ ቃሉ ርቱዕ ኣእምሮኡ ረቂቕ መምህር ቅዱስ ቁርሎስ ናብ ሰብ ሱክንሲስ ጽሒፉ ኣብ ዝለኣኾ ቀዳማይ መልእኽቱ ዝበሎ፡ ስለዚ ድማ እቲ ሕፃን ክርስቶስ ካብኣ ድኅሪ ምውላዱ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይለወጠ ንድንግል

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
እምድኅረ ልደተ ሕፃን እምኔሃ እስመ ለሊሁ ስቡሕ ገባሬ መንክራት ዐበይት ወውእቱ ይእዜ ንጹሕ እምፁቱ ግብራት እለ ሥሩዓት በእጓለ እመሕያው ወእሙራት ቦሙ ዘውእቶሙ ሩካቤ ወዘርእ ወሰሰሎተ ድንግልና እንዘ ይሜህረነ በዘንቱ ቡሩክ ወልዑል ከመ አልቦ ዘይትማሰሎ ለልደቱ እምኮሎሙ እጓለ እመሕያው ወበውስተ ኮሉ እንስሳ ኢኮነ እምቅድመዝ ወኢይከውንሂ እምድኅረዝ ወበእንተ ዝንቱ ጠየቅነ ከመ ድንግል ይእቲ ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል።	ንጽሕት ማርያም ሓለዋ። ከመይሲ ንሱ ግሩም ድንቂ ሥራሕ ዝሠርሕ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ሕጂ ውን እንተኾነ ንሱ ካብቶም ንደቂ ሰባት ዝተሠርዑ ፍሉጣት ሰለስተ ግብራት ንጹሕ እዩ። ንሳቶም ኸኣ ሩካቤ፡ ዘርኢ፡ ድንግልና ምልዋጥ እዮም። ቡሩክ ናይ ባህርይ ኣምላክ ንሱ ኑቲ ልደቱ ካብ ሰብ ኮነ እንስኳ ዝመሰሎ ከምዘየልቦ በዚ ከረድኣና ከሎ፡ ብድንግልና ምውላድ ቅድሚ ሕጂ ኣይተገበረን፣ ብድኅሪ ሕጂ ውን ኣይግበርን እዩ። በዚ ድማ ድንግል ንእግዚኣብሔር ቃል ከምዝወለደት ተረዳእና ።።
፴ ወኮሉ ዘኢየአምን ወኢይትአመን ከመዝ ውጉዝ ለይኩን ወይደቅ እምነ ልደት ዘተደለወ ለምእመናን በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ በመልእክቱ ዘፈነዋ ኀበ አቅላንድዮስ እንዘ ይብል ከመዝ ወይእዜኒ እስመ መለኮትሰ ኢተወለጠ እምህላዌሁ ለከዊነ ሥጋ ወሥጋኒ ኢተመይጠ ለከዊነ መለኮት እምህላዌሁ ወባሕቱ ወልድ ቀዳማዊ ቡሩክ ወርሑቅ እምነ ኮሉ ሙስና ወኢሚጠት ኮነ ሰብአ እንዘ ኢይፈልስ እምህላዌሁ ወኢይትዌለጥ እመለኮቱ ወምልክናሁ እንዘ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኅቡረ በተዋሕዶ ወእምእሉ ፪ቱ ህላዌያት ጸንዐ ተዋሕዶተ ክርስቶስ አምላክነ።	30. ኮሉ እቲ ከምዚ እናበለ ዘይኣምንን ዘይእመንን ውጉዝ ይኹን! ካብቲ ንምእመናን ዝተዳለወ ውልድነት ውን ይፈለ። ከምቲ ጎርጎርዮስ ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኻ መልእኽቱ ዝበሎ፡ 'ሕጂ ውን መለኮት ሥጋ ንምኳን ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። ከምኡ ውን ሥጋ መለኮት ንምኳን ካብ ባህሪኡ ኣይተለወጠን። እኳ ደኣ እቲ ካብ ምልዋጥን ከምዘይነበረ ካብ ምኳንን ዝረሓቐ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ቀዳማዊ ወልድ ባህሪኡ ከይለቐቐን ካብ ጕይትነቱ ከይተለወጠን ሰብ ኮነ። ንሱ ኣምላኽን ሰብን እንከሎ ብተዋሕዶ ሓደ ዝኾነ፡ ካብዞም ክልተ ባህርያት ብምውሓዱ ፈጣሪና ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ምኳኑ ፍሉጥን ርዱእን ኮነ ።።
፴፩ ተዋሐደ ቀዳማዊ በደኃራዊ በከመ አቅደምነ ወንቤ ወበከመ ብእሲ ፩ዱ ውእቱ ወእም፪ቱ ህላዌያት ይከውን ፩ደ ህላዌ ወኢይትፈለጥ ባሕርይ እምኔሆሙ አላ ይከውን ፩ደ ባሕርየ በከመ ኮነ ቀዳሚ አሐደ ወበእንተዝ ንረክቦ ለህላዌ ሰብእ ይሰመይ ፩ደ ህላዌ ወኢይትበህል ፪ቱ አላ ፩ዱ ውእቱ ወይቀውም እምህላዌ ሕያው ወህላዌ ነባቢ ወለለ፩ዱ እምኔሆሙ የዐቅብ ህላዌሁ እንበለ ውላጤ በከዊናቱ ፩ደ ህላዌ ዘውእቱ ብእሲ።	31. ቀዳማዊ ቃል ንደኃራዊ ሥጋ ተዋሓደ። ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ፡ ከምቲ ሰብ ሓደ ዝኾነ፡ ካብ ክልተ ባህርያት ተፈጢሩ ድማ ሓደ ባህርይ ዝኾነ፡ ከምቲ ቅድም ዝነበሮ ሓደ እዩ እምበር ካብ ክልተ ባህርያት ስለዝተፈጠረ እቲ ባህርይ ኣይክፈልን እዩ። ስለዚ ድማ እቲ ባህርይ ሰብ 'ሓደ ባህርይ' ክበሃል ንረኽቦ። ሓደ ይበሃል እምበር ክልተ ኣይበሃልን እዩ። ካብ ሕያውን ነባቢትን ባህርይ ተፈጢሩ ጸኒዑ ይነብር። ነፍሲ ወከፍ ካብኣም ከይተለወጠ ባህሪኡ ኣጽኒዑ ሓደ ባህርይ ኮይኑ ይነብር፡ ንሱ ድማ ሰብ እዩ።
፴፪ በከመ ይቤ ፎርፎርዮስ ጠቢብ በመጽሐፈ ጥበብ እስመ ፩ዱ ፆታ ምስለ ካልእ ፆታ ይትራከቡ ለአቅሞተ ፩ዱ ፆታ ወባሕቱ እስመ ፆታሂ ዘያስተጋብእ ምስለ ፆታ ዘኢያስተጋብእ ኢይፈመሩ ለአቅሞተ ፩ዱ ፆታ ወአካልሂ ምስለ አካል ኢይትራከቡ ለአቅሞተ ፆታ ወማይሂ ምስለ ማይ ወመሬትሂ ምስለ መሬት ኢያቀውሙ አካለ ወህላዌ ወባሕቱ ሶበ ይቶሳሕ ማይ ምስለ መሬት	32. ከምቲ ጥበበኛ ፎርፎርዮስ ኣብቲ ናይ ፍልስፍና መጽሓፉ ዝበሎ፡ ሓደ ነገር ንምርካብ ሓደ ነገር ምስ ካልእ ሓደ ነገር ሓደ ይኸውን።' ግናኸ ሓደ ነገር ንምርካብ፡ ዝርከብ ወገን ምስቲ ዘይርከብ ወገን ሓደ ኣይከውንን እዩ። ሓደ ነገር ንምርካብ ኣካል ምስ ኣካል ሓደ ኣይከውንን እዩ። ማይ ምስ ማይ፡ መሬት ምስ መሬት እንተተራኸቡ ኣካልን ባህርይን ኣየርክቡን እዮም። ማይ ምስ መሬት ምስ ዝዋሓዱ ግና ካብኣም ኣካል ባህርይ ይርከብ ።።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲

ይቀውም እምኔሆሙ አካል ወህላዌ ወካዕበ መሰለ ካልአ ምሳሌ በልቡና ወበዘይሌብዎ በእንተ ትሰብእቱ ለወልድ ቀዳማዊ ክቡር ወልዑል ወበከመ ለባዊ ዘቦቱ ልቡና ወይሌቡ ባቲ ውእቱ ይከውን ዕሩየ ከመ ዘለበዎ ይከውን ለሊሁ አሐደ ህላዌ ምስለ ዘለበዎ እንዘ ኢይፈልስ እምህላዌሁ ወዘለበዎሂ ይከውን ዕሩየ ምስለ ዘለበዎ አሐደ ህላዌ ወአሐደ አካለ ወፅደ ገጸ ወአልቦ ፍልጠት ማዕከለ ዘይሌቡ ወዘለበዎ ምንትኒ ለግሙራ ወኢይትበህል ፪ቱ አላ ፩ዱ ውእቱ።

፴፫ ወካዕበ አምጽአ ሣልስ ምሳሌ እንዘ ይብል እስመ ሶበ ይወድዩ ማየ ውስተ ቀሱት ይትበህልኑ ፪ቱ ቀሱት በእንተ ዘወደዩ ማየ ውስቴቱ ሐሰ ወናሁ ከሠቱ አርስጣጣሊስ ጠቢብ ወእስክንድሮስ ወአፍሮዶክሲ በብሂሎቶሙ እስመ ልቡና ለእመ ኮነ ለባዊ በገቢር ወለሊሁ ውእቱ በርእሱ ዘለበዎ ወእንበይነ ዝንቱ አምጽኡ ምክንያተ ጽኑዐ በጥበብ።

፴፬ ወከመዝ ዓዲ እግዚእነሂ ክርስቶስ ነሥአ ሎቱ ሥጋ እምእግዝእትነ ማርያም ወረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ በ፩ዱ ህላዌ እም፪ቱ ህላዌያት መለኮታዊ ወትሰብእታዊ እንዘ ኢይፈልስ ህላዌ ትሰብእት ለከዊነ መለኮት ወህላዌ መለኮት ለከዊነ ትሰብእት ወዳእሙ እስመ ሥጋ ዘተዋሐደ ቦቱ ቃል ኮነ ሥጋ እግዚአብሔር በ፩ዱ ህላዌ ወንሕነሂ ናመጽእ ይእዜ እንበይነ ዝንቱ ብዙኅ ስምዐ ክሡት ግሁደ ውበዩነ ዘእምብሉይ ወሐዲስ በኅበ ኮሉ ነገድ እምዘመደ ክርስቲያን ሶበ ይክሕድ ብእሲ ተቃራኔ ጽድቅ ወኢይትዌከፍ ቃለ ርቱዐ ሰሚያ ከመ ፪ቱ ህላዌያት ኮኑ አሐደ በተዋሕዶ ንብል እንከሰ እስመ ህላዌ አብ ወህላዌ ወልድ ወህላዌ መንፈስ ቅዱስ ሠለስቲሆሙ ፩ዱ ህላዌ እሙንቱ በ፫ቱ ገጻት ወ፫ቱ አካላት ሊሉያን ወኅቡራን ወሰንዕዋን ይትከፈሉ በገጻት ወበአካላት ወይትዋሐዱ በህላዌ አሐዱ መለኮት በኃይል ወበሥልጣን ወበክሂል ዘከመ ከሠትነ በእንተ ቅድስት ሥላሴ።

ዘሱኑትዩ ም፡ 110

ደጊሙ ውን ነቲ ክቡር ልዑል ቀዳማዊ ወልድ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር 'ብልብን ፍልጠትን'መሲሉ ካልኣይ ምሳሌ ተዛረበ። እቲ ፍልጠት ዘለዎ ቡቲ ፍልጠቱ እቲ ዘስተውዕል ልቢ ንሱ ምስ ፍልጠት ሓደ ከምዝኾነ፡ ንሱ ባዕሉ ልቢ ካብ ባህሪኡ ከይተለወጠ ምስ ዘረከቦ ፍልጠት ሓደ ባህርይ ይኸውን። እቲ ልቢ ዘረከቦ ፍልጠት ድማ ምስቲ ዘረከቦ ልቢ ብፍጹም ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ይኸውን። ኣብ መንጎ ልብን ፍልጠትን ፍጹም ምፍልላይ የለን። ሓደ ደኣ ይብሃል እምበር ክልተ ኣይብሃልን እዩ።

33. ከምኡ ውን ከምዚ እናበለ ሣልሳይ ምሳሌ ኣምጽኡ፥ ማይ ናብ ዕትሮ ምስ ቀድሑ፡ ማይ ስለዝቀድሑሉ ክልተ ዕትሮዶ ይብሃል እዩ፧ ፍጹም ክልተ ኣይብሃልን እዩ። እንሆ ጥበበኛ ኣርስጣጣሊስን እስክንድሮስን ኣፍሮዶክሲን ድማ፥ 'ልቡና ብግብሪ ፈላጥ ውን እንተኾነ ንሱ ባዕሉ ልቢ ዘረከቦ እዩ' ክብሉ ኣረድኡ። በዚ ድማ ርዱእ ዝኾነ ነገር ብጥቡብ ተዛረቡ ።

34. ብኸምዚ ኸኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ሥጋ ወሲዱ፥ እቲ ባህርየ ሥጋ ናብ መለኮት ምኻን ከምኡ ውን እቲ ባህርየ መለኮት ናብ ሥጋ ምኻን ከይተለወጠ ኣምላኽነትን ሰብነትን ካብ ዘለዎም ክልተ ባህርያት ናብ ሓደ ባህርይ ምኻን ምስኡ ሓደ ገበሮ። እቲ ቃል ዝተዋሓደ ሥጋ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሥጋ እግዚኣብሔር ኮነ። ሕጂ ውን ንሕና በዚ ነገርዚ ኣብቶም ወገን ክርስቲያን ዝኾኑ ማኅበራት፡ ካብ ብሉይን ሓዲስን ንጹርን ርዱእን ፍሉጥን ዝኾነ ብዙኅ ምስክር ከነምጽእ ኢና። ሰብ ተቓዋሚ ሓቂ ኮይኑ እንተከሓደ፡ እቶም ክልተ ባህርያት ብተዋሕዶ ሓደ ከምዝኾኑ ሰሚዑ ነዚ ቅኑዕ ነገር 'ኣይኣምንን እየ' ውን እንተበለ፥ 'እምበኣር ናይ **ኣብ** ኣካል፡ ናይ ወልድ ኣካል፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ሠለስቲኡም ኣካላት ሓደ ባህርይ እዮም' ንብሎ። ብሠለስተ ገጻት ብሠለስተ ኣካላት ዝፍለጡ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ፍጹም ሓደ እዮም። ብኣካል ብገጽ ይፍለዩ እዮም። ብሓደ ባህርየ መለኮት ብኃይሊ ብሥልጣን ብክሃሊነት ግና ሓደ ይኾኑ። እዚ ኸኣ ከምቲ ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ ዝገለጽናዮ እዩ ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፴፭ ሶበሰ ንቤ ሀሎ ሥጋ እምቅድመ ትሥጉቱ እምእግዝእትነ ድንግል ማርያም ተዋሕዶ ምስለ ህላዌሁ ንሬሰዮ ዕሩቀ እምትሰብእቱ ወሕጹጸ እምከዊነ ሰብእናሁ ውእቱሰ ፍጹም በአካሉ ወበህላዌሁ እለሰ ይብሉ ከመዝ ውጉዛን እሙንቱ ወምቱራን እምኔነ ወእምትምህርተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት።	35. ቃል ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ሰብ ቅድሚ ምኻኑ፡ ሥጋ ምስ ባህሪኡ ተዋሒዱ ነበረ እንተደኣ ኢልና ግና፡ ሰብ ካብ ምኻን ነውጽኦ ኣሎና። ሰብ ካብ ምኻን ውን ነነኣእሶ ኣሎና። ንሱስ ብኣካሉ ብባህሪኡ ፍጹም እዩ። እቶም ከምዚ ዝብሉ ግና ውጉዛት እዮም፡ ካባናን ካብ ትምህርቲ ናይታ ሓዋርያት ዝኣከብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ድማ ፈጺሞም ዝተፈልዩ እዮም ።
፴፮ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ነአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም ወነሥአ ሎቱ ሥጋ ፍጹመ ወተዋሐደ ቦቱ በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወኢይደሉ ንፍልጥ ተዋሕዶቶ ለአማኑኤል አምላክነ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት አው ኀበ ፪ቱ አካላት አው ኀበ ፪ቱ ገጻት አው ኀበ ፪ቱ ምግባራት አው ኀበ ፪ቱ ፈቃድ ወ፪ቱ ሥምረት እምድኅረ ተዋሕዶ መንክር ዘኢይትረከብ እንከሰኬ በዝንቱ ንባብ ይጠፍእ ተዋሕዶ እምኮሉ ገጻት።	36. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና እግዚኣብሔር ቃል ፍጹም ሥጋ ወሲዱ፡ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ፡ ንእኡ ተዋሒዱ ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ከምዝተወልደ ንኣምን ። ድኅሪ እቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ውን ንናይ ኣምላኽና ኣማኑኤል ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርያት ኮነ ናብ ክልተ ኣካላት ወይ ከኣ ናብ ክልተ ገጻት ኮነ ናብ ክልተ ሥራሕ ኮነ ናብ ክልተ ፍቓድ ኮነ ናብ ክልተ ሥምረት ክንከፍሎ ኣይግባእን እዩ። እምበኣርኸሰ በዚ ኣበሃህላዚ ተዋሕዶ ብዘይኮነ ነገር ይፈርስ ።
፴፯ ወባሕቱ ንሕነሰ ንብል ፩ዱ ህላዌ ዝንቱ ወልድ ቀዳማዊ ዘተሠገወ በከመ ንቤ ቅድመ ወእምድኅረ ተሠገወሂ ኢተወሰከ ቦቱ ወኢሐጸ እምኔሁ ወእግዚእነሰ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘትማልም ወዮም ወእስከ ለዓለም በከመ ይቤ ሐዋርያ አምላካዊ ዘይቤ ትማልም እምቅድመ ትሥጉቱ ወዮምሂ ዘይቤ እምድኅረ ትሥጉቱ ውእቱ ወክመ ውእቱ እስከ ለዓለም። ዕብ ፲፫:፰።	37. ንሕናስ ከምቲ ኣቓዲምና ዝበልናዮ፡ 'እቲ ብቐድምና ዝነበረ ሰብ ዝኾነ ባህርየ ወልድ ሓደ እዩ' ንብል። ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ውን ኣይተወሰኾን ኣይተነከዮን። ከምቲ ኣምላኽ ዝኃደሮ ሓዋርያ ዝበሎ፡ 'ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትማሊ ዝነበረ ሎሚ ውን ዘሎ፡ ንዘለዓለም ድማ ዝነብር እዩ።' 'ትማሊ' ዝበሎ ነቲ ቀድሚ ሰብ ምኻኑ ዝነበሮ ዘመን እዩ፣ 'ሎሚ' ዝበሎ ኸኣ ድኅሪ ሰብ ምኻኑ ዘሎ ዘመን እዩ፣ 'ዘለዓለም' ዝበሎ ድማ ኮሉ ጊዜ እዩ። ዕብ. 13፡8 ።
፴፰ ንሚጦኬ ቃለነ ኦርቶዶክሳዊተ እምቃለ ዝንቱ ሐዋርያ አምላካዊ ንጹሕ ላዕለ ዘይቤ ዘንተ ወላዕለ ዓላውያን እለ ይቤሉ በዕበዶሙ ከመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም አኮ ውእቱ እግዚአብሔር ዝንቱ ውእቱ ዘአጽነነ ሰማያተ ወወረደ ወአንሶሰወ ማእከለ ሰብእ ወንብረ ተአምራተ ወመንክራተ ወኮኑ ብርክ ዘውስተ ሰማይ ወምድር ወዘታሕተ ምድር ይሰግዱ ለኢየሱስ ክርስቶስ ወሎቱ ይገኒ ኮሉልሳን ከመ እግዚእ ውእቱ።ፊልጵ ፪:፱-፲፩።	38. ነዚ ዝዛረብን፣ ነቶም ቡቲ ስንፍናኦም 'ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ጕይታና ኢየሱስ ኣምላኽ ኣይኮነን' ዝብሉ መናፍቓንን፣ ካብ ቃል ናይቲ ኣምላኽ ዝኃደሮ ንጹሕ ሓዋርያ ኣምጺእና፡ ነታ ቅንዕቲ ትምህርትና ንምልሰሎም። እቲ ንባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ ሰብ ዝኾነን፣ ኣብ መንን ደቂ ሰባት እናተመላለሰ ግሩም ድንቂ ሥራሕ ዝሠርሐ ንሱ እዩ። ኮሎም ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘለዉ ፍጥረታት ንጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይሰግዱ። ኮሉ ልሳን ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ናይ ባህርይ ጕይታ ከምዝኾነ ይኣምን። ፊል. 2፡9-12 ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፴፱ ወኢይደልዎሙ ለኵሎሙ እለ ያነብቡ መጻሕፍተ እግዚአብሔር ወይጤይቁ ምሥጢራቲሁ ዘዕቁብ በመዝገበ ልቦናሆሙ ይሰግዱ ለፍጡር ህየንተ ፈጣሪ በብሂሎቶሙ ከመ እግዝእትነ ማርያም ወላዲተ ሰብእ ሶበሰ ኢኮነ ውእቱ እግዚአብሔር ወኢፈጣሬ ወዘአልቦ ካልእ ዘእንበሌሁ ወኢፀንዱ ምስሌሁ እምኢጸሐፈ ዝንቱ ሐዋርያ ጳውሎስ እንዘ ይብል አኮ እምኀበ ሰብእ ወበእንተ ሰብእ አላ እምኀበ ኢየሱስ ክርስቶስ ወእምኀበ እግዚአብሔር አብ። ገላ ፩:፩ ።	39. ነቶም እግዚአብሔር ዘጽሓፎም መጻሕፍቲ ዘንብቡን፡ ነቲ ኣብ መዝገብ ልቦም ዝተዓቀበ ምሥጢሩ ዝርድኡን ንሳቶም፡ ኣብ ክንዲ ንፈጣሪ ዝሰግዱ፡ 'እመቤትና ድንግል ማርያም ወላዲት ሰብ እያ' እናበሉ ንፍጡር ክሰግዱ ኣይግብኦምን እዩ። ንሱ ኣምላኽ ፈጣሪ፡ ብዘይካኡ ካልእ ኣምላኽ ሓደ እኳ ካልእ ምስኡ ዘየልቦ እንተ ዘይከውን ነይሩስ፡ እዚ ሓዋርያ ጳውሎስ ነቲ ሚመቱ፡ 'ካብ ኢየሱስ ክርስቶስን ካብ እግዚኣብሔር ኣብን ተሠይመ ደኣ እምበር ካብ ዕሩቕ ብእሲ ሰብ ኣይተሠየምኩን፡ ብዛዕባ ዕሩቕ ብእሲ ሰብ ንከሰተምህር ውን ኣይኮነን' እናበለ ክጽሕፍ ኣይምኽኣለን ነይሩ። ገላ. 1፡1 ።
፵ ወእምድኅረዝ ይቤ በካልእ ገጸ መካን እንዘ ይከውን ስምዐ ሎቱ በዘመኑ ዝንቱ ዘኮንኩ ሎቱ አነ ሐዋርያ ወሰባኬ ወአልቦ ለካልእ ዘኮነ ስምዐ በመዋዕሊሁ ዘእንበለ ለኢየሱስ ክርስቶስ ዘአንሥአ ሙታነ ወከሠተ መንክራተ በስሙ ሐሰ ሎቱ ለዝንቱ ሐዋርያ ይኩን ሐዋርያ ለብእሲ ዝንቱ ዘአንሥአ ሙታነ ወገብረ መንክራተ ዕፀባተ በስሙ ወእመሰ ክርስቶስ ሰብእ ውእቱ እምኢይቤ ዝንቱ ሐዋርያ ይሰግዱ ሎቱ ኵሉ ፍጥረት ወየአምኑ ምልክናሁ ከመ ውእቱ ፈጣሪ። ፪ጢሞ ፩:፲፩።	40. ብድኅረዚ ካልእ ዓንቀጽ ኣብ ዝመሃረሉ ዘመኑ ክምስክረሉ ከሎ፡ 'ኣነ ሰባኺን ሓዋርያን ዝኾንኩሉ እዚ እዩ' በለ። ኣብቲ ዝምህረሉ ጊዜያት ምስክር ዝኾነሉ ነቲ ብስሙ ምዉታን ዘተንሥኡሉን ተኣምራት ዝገብረሉን ንኢየሱስ ክርስቶስ እዩ እምበር ንካልእ ዝመስከረሉ ጊዜ የልቦን። እዚ ሓዋርያዚ ንዕሩቕ ብእሲ ሓዋርያ ክኸውን ግብኡ ኣይኮነን። ብስሙ ግሩም ድንቂ ተኣምራት ዝገበረሉ ሙታንን ዘተንሥኣሉ እዚ እዩ። ክርስቶስ ዕሩቕ ብእሲ እንተ ዝኸውን ነይሩስ እዚ ሓዋርያዚ፡ 'ኵሉ ፍጥረት ይሰግደሉ፡ ፈጣሪ ምኳኑ ፈሊጦም ውን ንኣምላኽነቱ ይኣምኑ' ኣይምበለን ነይሩ ። 2ይ ጢሞ. 1፡11 ።
፵፩ ወእለሰ ይሰግዱ ለሰብእ ህየንተ እግዚአብሔር ይትመየጥ ላዕሌሆሙ ሐዋርያ ንዋይ ጎሩይ እንዘ ይዘልፎሙ ጎበ ይብል ሰገዱ ለፍጡር ህየንተ ፈጣሪ ወእመዝ ይረክቦሙ ወይቤ በከመ ቃሎሙ ለፀቱ ነቢያት ክቡራን አሌ ሎቱ ለዘይከውን ተሰፋሁ ለብእሲ ወኮሉ ዘኢይትአመን ወኢየአምን ከመ ንጽሕት እግዝእትነ ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ በሥጋ ወለሊሁ ተሰምየ ኢየሱስ ክርስቶስ በፀዱ ህላዌ ወበፀዱ አካል ወበፀዱ ገጽ በከመ አቅደምነ ወንበ ብዙኀ ጊዜያተ ውጉዘ ለይኩን። ሮሜ ፩:፳፭-፳፯። ኢሳ ፴:፮-፲፰ ። ኤር ፲፯:፭።	41. ነቶም ኣብ ክንዲ ንእግዚኣብሔር ንሰብ ዝሰግዱ ሰባት እዚ ምሩጽ ኣቕሓ ጳውሎስ 'ንፈጣሪ ምስጋድ ገዲፎም ንፍጡር ሰገዱ' እናበለ ክዘልፎም ኣብ ልዕሊኦም ይትንሥእ። ብድኅረ'ዚ ከምቲ እቶም ክልተ ክቡራን ነቢያት፡ 'እቲ ኣብ ዕሩቕ ብእሲ ሰብ ዝውከል ወይልኡ' ዝበልዎ ኃዘን ይረኽቦም። እመቤትና ንጽሕት ድንግል ማርያም ብሥጋ ኣምላኽ ከምዝወለደት፡ ንሱ ድማ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ብምኾን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝተባህለ' ዘይኣምንን ዘይተኣማመንን ኵሉ ከምቲ ኣቐዲምና ደጋጊምና ዝበልናዮ ውጉዝ ይኹን። ሮሜ 1፡21-26። ኢሳ. 30፡6-18 ። ኤር. 17፡5 ።
፵፪ ወእለሂ ይሐልዩ ወየአምኑ ከመ ጉባኤ ምኑን ወርኩስ አይሁዳዊ እኩይ ዘተጋብአ በኬልቄዶን ወዘዐለወ ባቲ ልዮን ዘአልቦቱ ሕግ ተኮላ መሣጢ ሠጣጤ ነፍሳት አው ዘይሔሊ በሕሊና ርኩስ ወይብል ከመ ኢየሱስ ክርስቶስ ፀቱ ህላዌያት ወፀቱ አካላት ወፀቱ ገጻት ወፀቱ	42. እቶም፣ ከምቲ ኣብቲ ክፋእ ኣይሁዳዊ ርኹስን ዝተናዕቀን ጉባኤ ኬልቄዶን ዝተባህለ፡ ከምኡ ውን ከምቲ እቲ ንነፍሳት ካብ እግዚኣብሔር ዝፈለ መንዛዒ ተኮላ፡ መፍረሲ ሕጊ ልዮን ዝኾሓዶ ኣበሃህላ፡ ዝሓሰቡን ዝዛረቡን ዝኣምኑን ውጉዛት እዮም። ወይ ድማ ብርኹስ ሕሊና ተላዒሉ ድኅሪ እቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ነፍስ ወከፍ ካብ ባህርያት ዝሰማምየ ከምዝሠርሕ ጌሩ ' ኢየሱስ ክርስቶስ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
ፈቃድ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረኰበ እስመ ለለ፩ዱ እምህላዌያት ይገብር ዘይሰነዐዎ አው ዘይቤ ከመ መለኮት ይገብር ተአምራተ ወመንክራተ ወግብራተ ልዑላተ ወመድምማተ ወሥጋሂ ይገብር ግብራተ ትሑታተ ወኀሙራተ ወምኑናነ ወዝንቱ ንባብ ያመጽእ ፍልጠተ ፍጹመ ወዝንቱሰ እምነት ዘመለካውያን ውእቱ ወእሙንቱሰ ይብሉ በዕበዶሙ ዛቲ ይእቲ ዓምደ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት።	ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ክልተ ገጽ ክልተ ፍቓድ እዩ' ብምባል ዝዛረብ፣ ወይ ውን 'መለኮት ነቲ ረቂቕ ግሩም ዝኾነ ዓበይቲ ተኣምራት ይገብር፣ ሥጋ ድማ ነቲ ንእሽቶን ንዑቕን ሥርሓት ይሠርሕ' ዝብል ውጉዝ ይኹን። እዚ ኣበሃህላዚ ፍጹም ፍልልይ ዘምጽእ እዩ። እዚ እምነትዚ ናይ መለካውያን እምነት እዩ። ንሳቶምሲ ቤቲ ድንቁርናኦም 'እታ ኦርቶዶክሳዊት ዓምዲ ሃይማኖት እዚኣ እያ' ይብሉ።
፵፫ ወንሕነሰ ለእሉ ኵሎሙ ንነድፎሙ በሐጸ ግዘት እምአፈ ዘነበበ በልሳኑ ክርስቶስ ወፈድፋደሰ በዘቀደመ ቃሉ ለሐዋርያ ዘይቤ እመቦ ዘመሀረክሙ ካልአ እምዘመሀርናክሙ ውጉዝ ለይኩን ውብሂሎቱሰ ካልእ እምዘመሀርናክሙ ይብል በእንተ ርእሱ ወበእንተ ኵሎሙ ሐዋርያት ንጹሐን ወበእንተ ኵሎሙ አበው መምህራኑ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወበእንተ ኵሎሙ እለ ሀለው ላዕለ ሃይማኖት ርትዕት ወፈድፋደሰ ሰበከ ቦቱ ዝንቱ ሐዋርያ እንዘ ይብል እስመ ለ፩ዱ እግዚአብሔር እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዋሕድ ሎቱ ይሰግድ ኵሉ ብርክ ዘውስተ ሰማይ ወዘውስተ ምድር ወዘሀሎ በታሕቴሃ ወኵሉ ልሳን ይገኒ ሎቱ ከመ ውእቱ አምላክ ወእግዚእ ወሐዋርያሁ ውእቱ ሐዋርያ ወአኮ ሰብከቱ እምኀበ ሰብእ አላ እምኀበ እግዚአብሔር ውእቱ ወኢኮነ ሰብከቱ በእንተ ሰብእ አላ በእንተ እግዚአብሔር ዘንተ ወዘይመስሎ ነበበ ሐዋርያ በእንተ ክርስቶስ ወካልአኒሁ ሐዋርያት ኀሩያን ወአበው መምህራን። ገላ ፩:፩-፲፮። ፊልጵ ፪:፱-፲፪ ።	43. ንሕና ግና ካብቲ ክርስቶስ ኣብ ልሳኑ ኃዲሩ ዝተዛረቦ ጳውሎስ ትምህርቲ ተቐቢልና፣ ዝያዳ ድማ 'ካብቲ ንሕና ዝመሃርናኩም ወፃኢ ካልእ ዝመሃረኩም እንተሎ ውጉዝ ይኹን' ንዝብል ቃል ሓዋርያ ተኸቲልና ነዞም ኵሎም ነውግዞም ኢና። 'ካብቲ ንሕና ዝመሃርናኩም ወፃኢ ካልእ' ምባሉ ውን ብዛዕባ ርእሱን ብዛዕባ ኵሎም ንጹሓን ሓዋርያትን ብዛዕባ ኵሎም መምህራኑ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንን ብዛዕባ ኵሎም ኣብ ቅንዕቲ ሃይማኖት ዘለዉን እዩ። ብፍላይ ድማ እዚ ሓዋርያዚ 'ኵሉ ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ፍጥረት ነቲ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ዝኾነ ሓደ እግዚኣብሔር ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይሰግድ፣ ኵሉ ልሳን ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ ናይ ባህርይ ጉይታ እናበለ ንእኡ ይኣምን' ክብል መሃረ። ንሱ ብዛዕባኡ ዘይሩ ዝመሃረ ናቱ ሓዋርያ እዩ፣ ሚመቱ ውን ካብ እግዚኣብሔር እምበር ካብ ሰብ ከምዘይኮነ፣ ትምህርቱ ኸኣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር እምበር ብዛዕባ ሰብ ከምዘይኮነ ነዘን ነዚ ዝመስልን ኵሉ እዚ ሓዋርያዚ ብዛዕባ ክርስቶስ ተዛረበ። ካልኦት ዝተመርጹ ሓዋርያትን መምህራን ሊቃውንትን ውን ነዚ ነገርዚ ተዛረቡ ። ገላ. 1፡1-16 ። ፊልጵ. 2፡9-12 ።
፵፬ ሰብሕዎ መላእክት አመ ጊዜ ልደቱ ወአብሠርዎሙ ለኖሎት እንዘ ይብሉ ተወልደ ለክሙ መድኀን ዮም በቤተ ልሔም ዘውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወረከበ ዓለም ፍሥሓ ዓቢየ ትብልኑ ኦ ብእሲ ከመ ዘተወልደ እምድንግል ማርያም ብእሲ ዕሩቅ እመለኮት ወይሁብ ፍሥሓ ለኵሉ ዓለም ሐሰ ወባሕቱ እግዚአብሔር ቃል ተወልደ እምእግዘእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወነሥአ እምኔሃ ሥጋ ወተዐገሠ ይጥቡ ሐሊበ ወልህቀተ ሥጋ በበህቅ ወአንሶሰዎ ማእከለ ሰብእ ወተመሰሎሙ ለአኃዊሁ	44. ኣብ ዝተወልደሉ ጊዜ መላእክቲ ኣመስገንዎ። ነቶም ካብቲ ጓሶት ውን 'መድኃኒ ንሱ ኸኣ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ልሔም ተወሊዱልኩም ኣሎ እሞ፣ እንሆ ዓለም ዓቢይ ሓጉስ ረኸበ' ክብሉ ኣበሠርዎም። ኣታ ሰብ! እቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ኣምላኽነት ዘይብሉ ዕሩቕ ብእሲ እዩ፣ እዚ ድማ ንኵሉ ዓለም ዘሐጉስ እዩዶ ትብል ኣሎኻ፧ እዝስ ፍጹም ኣይኮነን። ግናኸ እግዚኣብሔር ቃል ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ካብኣ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ተወልደ። ጡብ ምጥባውን ብሥጋ በብንእሽቶ ምዕባይን ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ምንባርን ፈተወ ። ብዘይካ በይና ኃጢኣት ውን ብኾሉ ሥራሕ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ። ሉቃ ፪: ፶-፶፩፣ ፶-፶፪። ዕብ ፪:፲፯።	ንኣኅዋቱ መሰለ ። ሉቃ. 2፡8-21። 40-52 ። ዕብ. 2፡17 ።
፶፭ ወእምድኅረ ትስብእቱሂ ይሄሉ በተዋሕዶቱ ወኢወሰከ በህላዌሁ ዘኢያስተርኢ ወዘኢይትገሥሥ ህላዌ ሰብእ ዘያስተርኢ ወይትገሥሥ ወይመውት ወኢወሰከ ካልአ አካለ ዲበ ፫ቱ አካላት በእንተ ዘለብሰ ሥጋ ወእመሰ ንቤ ወሰከ አካለ ንፈሲ ፫ት አካላተ ፬ት አካላተ ወንወጽእ እምነ ርትዕ ወንበውእ ውስተ ዕልወት ወሐሰት ወክሕደት ወንክሕድ በዘንቱ ትንቢተ ነቢያት ወሰብከተ ሐዋርያት።	45. ድኅሪ ሰብ ምኁኑ ውን ብሓድነቱ ጸኒዑ ይነብር። በቲ ዘይረአን ዘይድኅሥሥን ባህርይ ውን ንዝርአን ዝድኅሥሥን ዝመውትን ባህርየ ሰብ ካልኣይ ኣይገበረን። ሥጋ ስለዝተዋሓደ ውን ኣብ ርእሲ ሠለስተ ኣካላት ራብዓይ ኣካል ኣየምጽአን። 'ካልኣይ ኣካል ገንዘብ ገበረ' እንተበልና ግና ነዞም ሠለስተ ኣካላት ኣርባዕተ ኣካላት ንንብር ስለዘሎና ካብቲ ቅኑዕ ሃይማኖት ወፂእና ናብ ምልዋጥ ናብ ሓሶት ናብ ክሕደት ንኸይድ። በዚ ውን ነቲ ትንቢተ ነቢያትን ሰብከት ሓዋርያትን ንኽሕድ ።
፶፮ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንበል ከመዝ ለሊሁ ይእዜ አምላክ ዘተሰብአ እሰመ ዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ መለኮት ወይትዔረየነ ለነ በህላዌ ትስብእት ፩ዱ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ሰማያዊ ውእቱ ወውእቱ ምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ወውእቱ ይትገሥሥ ወኢይትገሠሥ ቅሩብ ውእቱ ወርሑቅ ይትረከብ ውእቱ ወኢይትረከብ ሐማሚ ውእቱ ወኢሐማሚ ውእቱ ወባሕቱ ሐመ በሥጋ ወኢሐመ በመለኮት በከመ ሰበከ ወጸሐፈ ለምሂሮትነ ሐዋርያ ዝንቱ ዘወሀቦ እግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ መራኁተ መንግሥተ ሰማያት ወአግብአ ፍትሐ ቤቱ ነባቢት ውስተ እዴሁ ወወሀቦ ሥልጣነ ይዕቀብ መርዔቶ ነባብያነ ወአጽንዐ ባህለ በመልእክቱ እንዘ ይብል ከመዝ እሰመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ እንዘ ኢየሐምም በመንፈሰ።	46. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና፣ 'ሎሚ ብሓቂ እቲ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ብባህርየ መለኮት ምስ **አብ** ሓደ እዩ፣ ብባህርየ ሥጋ ኸኣ ንኣና ይመስል' ብምባል ከምዚ ኢልና ንዛረብ ። ሓደ እዩ፡ ምስኡ ካልእ ካልኣይ የልቦን፣ ሰማያዊ እዩ ምድራዊ ውን እዩ፣ ይረአ እዩ ኣይርአን ከኣ እዩ፣ ይድኅሥ እዩ ኣይድኅሥ ድማ እዩ፣ ቀረባ እዩ ርሑቕ ውን እዩ፣ ይምርመር እዩ ኣይምርመርን ከኣ እዩ፡ ሓማሚ እዩ ዘይሓምም ውን እዩ፡ ግና ብሥጋ ደኣ ሓመመ እምበር ብመለኮት ኣይሓመመን። ከምቲ ሓዋርያ ንኣና ንምስትምሃር ዝጸሓፎን ዝመሃሮን እዩ። እዚ ሓዋርያዚ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መንግሥተ ሰማያት ዘወርሰሉ ሥልጣን ዝሃቦ፡ ኣብ ምእመናን ዝፈርደሉ ሥልጣን ኣብ ኢዱ ዝገበረሉ፡ ምእመናን ንኽሕሉ ውን ሥልጣን ዝሃቦ እዩ። 'ክርስቶስ ብሥጋ ሓመመ ብመለኮት ግና ኣይሓመመ' ብምባል ነቲ ትምህርቱ ብመልእኽቱ ኣጽንዐ ።
፶፯ ወፈጸመ ግብረ አምላካዌ በሥጋሁ ወለሊሁ አምላክ ዘበአማን ውእቱ ሰገዱ ሎቱ ኖሎት ከመ አምላክ ወአምኀዎ ሰብአ ሰገል ከመ አምላክ ወሰገዱ ሎቱ ተመከረ እምዲያብሎስ ኢይደሉ ከመ ያመክሮ ለእግዚአብሔር አምላኩ ወባሕቱ ይደሉ ላዕሌሁ ያምልኮ ወይሰግድ ሎቱ ። ማቴ ፬: ፩-፲፩። ፬:፩-፲፩።	47. ግብሪ ኣምላኽነት ውን ብሥጋኡ ፈጸመ። ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ብምኻኑ ጓሶት ሰገዱሉ፣ ሰብ ጥበብ ውን ኣምላኽ ብምኻኑ ሰጊዶም በረከተ ገጽ ኣቕረቡሉ። ብዲያብሎስ ተፈተነ፣ ግና ዲያብሎስ ንእኡ ኽሰግደሉን ከምልኾን ደኣ ይግባእ ነይሩ እምበር ንፈጣሪኡ እግዚኣብሔር ክፍትኖ ኣይግብኦን ነበረ ። ማቴ. 2፡1-11። 4፡1-11 ።
፶፰ ወለህላዌ ማየ ቃናሂ ረሰዮ ወይነ ሠናየ ወጥዑመ ወሰትየ እምኔሁ በፈቃዱ እንዘ አልቦ ዘይኤዝዞ ፈወሶ ለመፃጉዕ ወለዘለምጽሂ አንጽሖ ወለበህምሂ አንበቦ ወከሠተ አዕይንተ ዕዉራን ወሖረ መልዕልተ ማይ እንዘ ኢይርሕስ እገሪሁ ገሠፀ ባሕረ ወነፋሳተ ወዝኅኑ ወተአዘዙ ሎቱ በፍርሃት አንሥአ	48. ነቲ ባህርይ ማይ ቃና ኸኣ ሠናይን ጥዑምን ወይኒ ገበሮ፣ ዘገድዶ ዘይብሉ ውን ብፍቓዱ ካብኡ ሰተየ ። ነቲ መፃጉዕ ፈወሶ፣ ነቲ ለምጻም ውን ኣንጽሖ፣ ነቲ ዓባስ ኣዛረቦ፣ ኣዕይንቲ ዕውራን ውን ኣብርሀ፣ ኣእጋሩ ማይ ከይጠልቀየ ብልዕሊ ዓሚቹ ባሕሪ ከደ፣ ነቲ ባሕርን ነፋስን ገሠፀ እሞ ብኡ ንብኡ ሃድኡ፡ ብፍርሃት ውን ተኣዘዝዎ፣ ነቶም ምውታን ኣተንሥኡ፣

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
ሙታነ ወባረከ ላዕለ ጎዳጥ ጎብስት እስከ አጽገበ እምኔሁ ሕዝበ ብዙኃነ ወውእቱ ፩ዱ ክመ አልቦ ካልእ ምስሌሁ። ዮሐ ፪:፩-፲፩። ፭:፩-፲፭። ማቴ ፬:፳፬፤ ፲፪:፳፪። ፲፬:፲፭-፳፮።	ካብአን ብዙኅ ሰብ ክሳዕ ዝጸግብ ውን ነተን ኂደት እንጌራ ኣበርከተ፣ ንሱ ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ፡ ምስኡ ዝነበረ ካልእ የልቦን። ዮሓ 2:1-11። 5፡1-15። ማቴ. 4፡24 ። 12፡22 ። 14፡15-26 ።
፵፱ ወፈጸመ ግብረ እጓለ እመሕያው ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወተወልደ እምብእሲት ድንግል እንተ እምዘመድነ ወተወክፈ ረኀበ ወጽምአ በልዐ ወሰትየ ኖመ ወደክመ ሐመ ወተሰቅለ ወተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ ወተረግዘ ገቦሁ በዙናት ወለሊሁ ውእቱ ክመ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም ወለሊሁ ውእቱ ክመ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም በደኃሪ መዋዕል በክመ አቅደምነ ወንቤ አኮ ካልእ ምስሌሁ አላ ለሊሁ ውእቱ ወኢንብል እንከ ክመ አሐዱ ገብረ ግብረ መለኮታዊ ወካልኡ ካዕበ ገብረ ግብረ ትስብእታዊ አላ በክመ ንቤ እስመ ለሊሁ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ገብረ ዘመለኮትሂ ወዘትስብእትሂ ወአኮ ካልእ።	49. ብዘይካ በይና ኃጢኣት ኮሉ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ካብታ ወገንና ዝኾነት ድንግል ማርያም ተወልደ ። ጠመየ ጸምአ በልዔ ሰተየ ደቀሰ ደኸመ ሓመመ ተሰቐለ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ተሸንከረ ጉድኑ ብኮናት ተወግአ። ንሱ ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ፣ ኮሉ ዓለም እንከይተፈጥረ ካብ አብ ዝተወልደ እዚ ሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ኣብ ዳኅራይ ዘመን ውን ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ንሱ እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ንሱ በይኑ ጥራይ እዩ እምበር ምስኡ ካልእ ካልኣይ የልቦን። እቲ ሓደ ሥራሕ ኣምላኽነት ሠርሐ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ ኣይንብልን። ከምቲ ዝበልናዮ እቲ ሥራሕ ኣምላኽነት ኮነ ሥራሕ ሰብነት ዝሠርሐ ሓደ ወልድ ንሱ እዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን ።
፶ ይቤ ማሪ ኤራቅሊስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቀስጥንጥንያ ዘፈለሰ እምሀገረ ኪስኪስ በመልእክቱ ኀበ ብሔረ አርማንያ እንዘ ይብል ከመዘ ኢትበሉኬ ከመ ንሕነ ንዌስክ እሎንተ ግብራተ ዘአልቦቱ ሕማም ኀበ ዘሎቱ ሕማም ወመዊት ወኢንዌስክ ዘየሐምም ኀበ ኢየሐምም ኢንከፍሎ ወኢንፈልጦ ለ፩ዱ ህላዌ ኀበ ፪ቱ ገጻት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ወኢኀበ ህላዌያት ወኢነአምን በ፪ቱ መሢሕ ወባሕቱ ንሕነሰ ነአምን ወንትአመን ዓዲ ከመ ውእቱ ፩ዱ እግዚእ ዘውእቱ ክርስቶስ ገባሬ መንክራት አምላካዊ ወለሊሁኒ ዓዲ ገባሬ መንክራት እንተ ትስብእታዊ ወአኮ ካልእ ውእቱ ወአልቦ ካልእ ምስሌሁ።	50. እቲ ካብ ሃገረ ኪስኪስ ዝኾደ ናይ ቍስጥንጥንያ ሓለቓ ኤጲስቆጶሳት፡ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኤራቅሊስ ናብ ኣርማንያ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ ፡- ‘ንሕና፣ ነዞም ነገራት እዚኣቶም ኑቲ ሕማም ዘይብሉ ምስቲ ሕማምን ሞትን ዘለዎ ከምእንሓዋውስ ጌርኩም ኣይትዛረቡ። ኑቲ ዝሓመመ ምስቲ ዘይሓመመ ኣይንደባልቐን ኢና። ኑቲ ሓደ ባህርይን ሓደ ኣካልን ናብ ክልተ ገጻትን ክልተ ኣካላትን ክልተ ባህርያትን ኣይንኸፍሎን ኢና። ‘ክልተ ክርስቶስ’ ኢልና ውን ኣይንእምንን ኢና። ንሕና እቲ ሥራሕ ኣምላኽነትን ሥራሕ ሰብነትን ዝሠርሐ ንሱ ‘ኢየሱስ ክርስቶስ’ ዝተባህለ ሓደ ጉይታ ከምዝኾነ ካልእ ከምዘይኮነ ምስኡ ድማ ካልእ ከምዘየልቦ ንኣምንን ንተኣማመንን ። ’
፶፩ ይቤ አብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ቴዎሎስ በውስተ መልእክቱ እንተ ጸሐፈ ኀበ አቡሊናርዮስ ዐላዊ እመቦ ዘይቤ ከመ ቃል ኢሐመ በሥጋ አላ ሥጋ ባሕቲቱ በሕማም ወደክመ እንዘ ፍሉጥ እምኔሁ ውጉዝ ለይኩን ወንሕነሰ ነአምን ወንትአመን ከመ ህላዌ መለኮት ኢየሐምም ወኢይመውትሂ ወኢይትጋባእሂ ወባሕቱ ሐመ በሥጋ እንዘ ይትዋሐድ ምስሌሁ	51. እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ቅዱስ ኣቦ ጎርጎርዮስ ናብቲ መናፍቓ ኣቡሊናርዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ ፡- ‘መለኮት ተፈልይዎ ሥጋ ጥራይ ሓመመ ደኸመ እምበር ቃል ብሥጋ ኣይሓመመን ዝብል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ንሕና ግና ባህርየ መለኮት ከምዘይሓምም ከም ዘይመውትን ከምዘይውሰንን ንኣምንን ንተኣማመንን። መለኮት ቡቲ ዘይምርመር ግሩም ዝኾነ ተዋሕዶ ደኣ

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
መለኮት በመንክር ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወኢይደልወነ እንከ ንፍልጥ መለኮተ እምትሰብእት ወኢይትፈለጥ ወኢይትሌለይ እሰመ ዘሐመሰ ውእቱ እግዚአ ስብሐት በሥጋ ዘነሥአ እምዘርአ ዳዊት ወአብርሃም ወኢትበህል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ሐመ በህላዌ መለኮቱ።	ምስኡ ሓደ ኾይኑ ሓመመ። እምበኣር ንመለኮት ካብቲ ፈጺሙ ዘይፍለዮ ትሰብእት ክንፈልዮ ኣይግብኣናን እዩ። ንሱስ እቲ ጉይታ ክብሪ ዝሓመመ ቡቲ ካብ ባህርይ ኣብርሃምን ዳዊትን ዝወሰዶ ሥጋ እዩ፣ ብዛዕባኡ ንሱ ብባህርየ መለኮቱ ሓመመ ኣይበሃልን እዩ።
፶፪ ወከመዝ ይደሉ የሐልዩ ወይእመኑ ሰብእ መሃይምናን ኦርቶዶክሳውያን ወይበሉ እሰመ ዘኢይትገመር ተገምረ በማኅፀነ ብእሲት ወባዕልሂ ኃደረ ውስተ ቤተ ነዳይ ከመ ንብዐል ንሕነ በንዴቱ ዚአሁ ወኢይሌብዎ መኑሂ ለሊሁሰ ይሌቡ ወየአምር ኵሎ ይቤ አብ ቅዱስ አግናጥዮስ ለባሴ እግዚአብሔር እሰመ ዘእፈቅዶሰ አነ ወእጽሕቆ ኀቤሁ ተሰቅለ በእንቲአየ በለቢሰ ሥጋ።	52. እቶም ኦርቶዶክሳውያን ምእመናን፣ 'እቲ ዘይውሰን ኣምላኽ ኣብ ማኅፀን ድንግል ተወሰነ፡ ንሕና ነቲ ክብሪ ዘይብሉ ሥጋ ብምውሓዱ ምእንቲ ኽንኸብር እቲ ክብሪ ዘለዎ ንሱ ንክብሪ ዘይብሉ ሥጋ ተዋሓደ' እናበሉ ከምዚ ኢሎም ብፍጹም ኣሚናም ክዛረቡ ይግባእ። ሓደ እኳ ኣይፈልጦን እዩ፡ ንሱ ግና ንኾሉ ይፈልጥ። እግዚኣብሔር ዝኃደሮ ቅዱስ ኣቦ ኣግናጥዮስ፣ 'ኣነ ሓሚሙ ሞይቱ ከድኅነኒ እዩ ኢሉ፡ እቲ ኣነ እደልዮ እፈትዎ ዝነበረ ምእንታይ ሥጋ ተዋሒዱ ተሰቐለ' በለ ።
፶፫ ውቱዎንሎስሂ ካዕበ ይቤ በመጽሐፉ በእንተ ሕማማቲሁ ለመድኅን እሰመ ሶበ ተሰቅለ ክርስቶስ ጸልመ ሰማይ አሚሃ ወፀሐይኒ ሠወረ ብርሃኖ ወወርኀኒ ደመ ኮነ ወምድርኒ አድለቅለቀት ወኩኵሕኒ ተሠጥቀ ውተከሥቱ መቃብራት ወበእንተዝ ይደልዎሙ ለኵሎሙ ፍጡራን ይሕምሙ ምስለ ፈጣሪሆሙ ።	53. ደጊሙ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ ናይ መድኅን ነገረ ሕማሙ ኣብ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ከምዚ በለ፣ 'ክርስቶስ ኣብ ዝተሰቕለሉ ጊዜ ሰማይ ጸልማት ኮነ፡ ፀሓይ ውን ብርሃኑ ከልከለ፡ ወርኂ ኸኣ ደም ኮነ፡ ምድሪ ተነወጸት፡ ኣዃውሕ ኸኣ ተሠንጠቐ፡ መቓብራት ድማ ተኸፍቱ። በዚ ኸኣ ኵሎም ፍጡራን ምስ ፈጣሪኦም ክሓሙ ግብኦም ኮነ ። '
፶፬ ይሰምዑ ይእዜ እለ ይብሉ እሰመ ፩ዱ የሐምም ወካልኡ ኢየሐምም ወይሬስዩ ፪ቱ ወልደ በመጽሐፉ ለዝንቱ መምህር ዓቢይ ወክቡር ወዘያወግዝ ወይብል እመቦ ብእሲ ዘይትህበል ወይብል ፪ቱ ወልድ ፩ዱ እማርያም ወካልእ እምእግዚአብሔር አብ ወይብል ዘተወልደ እማርያም ኢኮነ ወልደ አብ ውጉዘ ለይኩን ይቤ ቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ ዘጽዱቅ ትምህርታቲሁ ቦነቤነ ወኢኀበ መለካውያን ወንስጥሮሳውያን ዘነበበ በመንፈስ ቅዱስ ወይቤ እሰመ አእዳዉ እለ ለሐኳሁ ለአዳም ተዐገሣ ቅንዋተ ዲበ መስቀል በሥጋ ወማሪሂ ዮሐንስ አፈ ወርቅ ይቤ መኑ ውእቱ ዘኢያነክር ወኢይዴመም ሶበ ይሬእዮ ለእግዚአብሔር እንዘ ያስተበርክ ወይጼሊ ወይስእሎ ለአብ ከመ ያኅልፍ እምኔሁ ጽዋዐ።	54. እቶም 'እቲ ሓደ ሓመመ፡ እቲ ካልኣዩ ግና ኣይሓመመን፣ ክልተ ወልድ' ዝብሉ ሕጂ ይሰምዑ ። 'እቲ ብድፍረት ክልተ ወልድ፡ እቲ ሓደ ካብ ድንግል ማርያም እቲ ሓደ ኸኣ ካብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ዝተወልደ እዩ፡ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ወልደ **ኣብ** ኣይኮነን፣ ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን' እናበለ ናይዚ ክቡር መምህር መጽሓፉ ከውግዝ ከሎ ሕጂ ይሰምዑ። እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ተገለጹሉ ዝተዛረቡ፡ ከምኡ ውን እቲ ትምህርቱ ብኣናን ቡዩም መለካውያንን ንስጥሮሳውያንን ርዱእ ዝኾነ ሶርያዊ ቅዱስ ኤፍሬም ከምዚ በለ፣ ' እቲን ንኣዳም ዝፈጠራ ኣእዳው ብሥጋ ኣብ መስቀል ምሸንካር ተዓጊሡን ተቐበላ' በለ ። ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ዮሓንስ ኣፈወርቅ ድማ 'እግዚኣብሔር ክሰግድን ክጽልን፡ ካብኡ ውን ጽዋዕ ሞት ንክኀልፈሉ ንኣብ ክልምኖ ከሎ እንተረኣዮ ዘይድነቕን ዘይግረምሲ መን እዩ፧' በለ ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፻፭ ወጳውሎስ ሐዋርያ ዘነበበ ክርስቶስ በልሳኑ ይቤ ሶበሰ አእመርዎ ከመ ውእቱ እግዚአ ስብሐት እምኢሰቀልዎ ኢትሬእዩኑ ዘከመ ይኑበብ በእንተ ትስብእት ወሕማማቲሁ ለመድኀን እሎንተ ቃላተ መንክራተ ወመድምማት ዘኢይደሉ ላዕለ እግዚአብሔር ክቡር ወልዑል ወዓዚዝ ወይፈርሁ በእንቲአሁ ግብራተ ዘይደሉ ለትስብእቱ ወእፎኑ ይሚንንዎሙ ወያሰትትዎሙ ዐላውያን በኩፋቄሆሙ ለእለ ንጹሓን አምላካውያን እለ ነበቡ በእንተ ትስብእቱ ወሕማማቲሁ ለመድኀን ከመ ረከቦ ሕማማተ ትስብእት ወግብራተ አምላካዊ ውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ወለሊሁ ፩ዱ አምላክ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ።	55. እቲ ክርስቶስ ኃዲርዎ ዝተዛረበ ሓዋርያ ጳውሎስ ውን፥ 'ጐይታ ክብሪ ምኂኑ እንተዝፈልጥዎስ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም' በለ። ብዛዕባ መድኀን ሰብ ምኂኑ፡ መከራ ምቕባሉ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ክቡር ልዑል ጽኑዕ ዝኾነ እግዚኣብሔር ክዝረቡ ዘይግብኦም ነዚኦም ፈጺሞም ዘገርሙ ቃላት ክዛረቡ፡ ነቲ ሰብ ብምኂኑ ንእኡ ክዝረብ ዝግባእኽኣ ክፈርሑዶ ኣይትርእዩን ኢኹም ፤ ነዞም ኣምላኽ ዝኃደሮምን ብዛዕባ መድኀን ሰብ ምኂኑ፡ መከራ ምቕባሉ፡ ከምኡ ውን ሕማም ሥጋን ሥራሕ ኣምላኽነትን ገንዘቡ ከምዝኾነ ዝተዛረቡን ንጹሓን መምህራን፥ ከመይ ጌሮም መናፍቓን ቡቲ ክሕደቶም ይነቕፍዎምን ይንዕቕዎምን፤ ንሱ ብተዋሕዶ፥ ኣምላኽ እዩ ሰብ ውን እዩ፡ ሓደ ኣምላኽ ንሱ እዩ፡ ምስኡ ካልኣ ካልኣይ የለን።
፻፮ ዮሐንስሂ ሐዋርያ ይቤ በመልእክቱ ናየድዐክሙ ዘሀሎ እምቀዲሙ ዝውእቱ ዘርኢናሁ በአዕይንቲነ ወዘገሠሥናሁ በእደዊነ ወዘጠየቅናሁ ንሰብክክሙ ኪያሁ ቦቱ ወዝንቱሰ ውእቱ ወልድ ቀዳማዊ ውእቱ ወደኃራዊ ውእቱ ለሊሁ ዘአስተርአየ ወተገሠ ወናሁ አብጠለ ዝንቱ ሐዋርያ ላኪሆሙ ለዐላውያን ቡብሂሎቱ ዝንቱ ውእቱ ቀዳማዊ ዘርኢነ በአዕይንቲነ ወዘገሠሣሁ እደዊነ ወአኮ ካልእ ወዝንቱ ሐዋርያ ዘኢይሔሱ እንክ በቃሉ። ፩ዮሐ ፩: ፩-፭።	56. ሓዋርያ ዮሓንስ ውን ኣብ መልእኽቱ ከምዚ ይብል፥ 'ነቲ ካብ ቅድም ዝነበረ ንነግረኩም ኣሎና፣ እቲ ንሕና ብዓይንና ዝርኣናዮ፡ ብኢድና ዝዳሰሥናዮን ዝተረዳእናዮን እዚ እዩ፣ ንእኡ ክንምህረኩም ኢና። ንሱ ድማ ወልድ ቀዳማዊ እዩ ደኃራዊ እዩ፣ ዝተራእየ ዝተዳሠሠ ንሱ እዩ።' እዚ ሓዋርያ እዚ፥ 'እቲ ብዓይንና ዝረኣናዮ ብኢድና ዝዳሰሥናዮ ብቕድምና ዝነበረ እዚ እዩ። ካልእ ኣይኮነን' ብምባሉ እንሆ ንኽርክርን ክትዕን መናፍቓን ኣጥፍኡ። እዚ ሓዋርያ'ዚ ፍጹም ብቓሉ ኣይሕሱን እዩ ። 1ይ ዮሓ. 1፡1-5 ።
፻፯ ወኀርኀርዮስሂ ነባቤ መለኮት ይቤ እስመ ፈጣሪ ዘኢያስተርኢ አስተርአየ ወወልደ እግዚአብሔር ኮነ ወልደ እጓለ እመሕያው ውእቱ እንበለ እም ቀዳሚ ወደኃሪኒ እንበለ አብ ውእቱ ወለሊሁ ውእቱ ዘሐመ ወአኮ ካልእ ወናሁ ንረክብ በውስተ ብሊት ግብረ ዘይትከፈል ለኀበ ፪ቱ ክፍል ፩ዱ ዘይደሉ ለመላኪ ወካልኡ ዘይደሉ ለተመላኪ ወገባሪሆሙሰ ፩ዱ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወዝኬ ለሊሁ ውእቱ እስመ ለሐኬ አዳም ከልሐ ኀቤሁ ሶበ በልዐ እምዕፅ ወተኀብአ እምኔሁ ወይቤሎ አይቱ ሀሎከ እንዘ ለሊሁ የአምር ዘሀለወ ቦቱ ወለሊሁ ውእቱ ዘሐፀበ አብርሃም እገሪሁ ዘቦአ ኀቤሁ ወበልዐ በውስተ ሐይመቱ ዕቋነ ወኀብስተ ሥርናይ ወካልኣኒሆሙ ፩ዱ ውእቱ ወአኮ ካልእ ። ዘፍ ፲፰:፩-፲ ። ፲፱:፩-፲።	57. ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ኀርኀርዮስ ድማ፥ 'እቲ ዘይርኢ ፈጣሪ ተራእየ፥ እቲ ወዲ እግዚኣብሔር ውን ወዲ ሰብ (ወዲ ኣዳም) ኮነ፣ ብቐዳማዊ ልደቱ ኣደ የብሉን፡ ብደኃራዊ ልደቱ ውን ኣቦ የብሉን፣ ዝሓመመ ንሱ እዩ ካልእ ኣይኮነን' በለ። ኣብ ኦሪት ውን ብኽልተ ወገን ዝግበር እቲ ሓደ ንገዛኢ፡ እቲ ሓደ ድማ ንተገዛኢ ዝኾነውን ሥራሕ ንረክብ ኢና። ንክልቲኣም ዝገበረ ኾነ ሓደ እዩ። ምስኡ ውን ካልእ የልቦን። ንሱ እዩ ፈጣሪ ኣዳም፣ ኣዳም ዕፀ በለስ በሊዑ ካብኡ ምስ ተኃብአ፥ ነቲ ዘለዎ ቦታ እናፈለጠ 'ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ' ኢሉ ዝጸውዖ ንሱ እዩ። ኣብርሃም እግሩ ዝሓፀቦ፡ ናብኡ ዝኣተወን ኣብ ውሽጢ ድንኳኑ ውን ርግኦን ኀብስተ ሥርናይን ካልእ ምግብን ዝተመገበ ንሱ እዩ ። ሓደ እዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን ። ዘፍ. 3፡6-10። 18፡1-10 ።

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
፶፰ ወዘተጋደሎሂ ለያዕቆብ በሎዛ እስከ አውደቆ ያዕቆብ ወለሊሁ ክመ ኢይትዌለጥ ዘይትፈቀድ እምዝ ይትፈቀድ ወእምዝ ባረኮ ለያዕቆብ በበረከት ፍጽምት ወዘከፈለ ባሕረ እስከ አኀለፈ ሕዝቦ ወአንሶሰወ ከመ ዘየብስ ወአኀጕለ ፀሮሙ ለሊሁ ዝንቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወዘአኀጕለ እምትዕይንተ ሰናክሬም በአሐቲ ሌሊት ፲ተ ወ፷ተ ፸ ወ፱፻ተ ለሊሁ ውእቱ ወአኮ ካልእ ወለሊሁ ውእቱ ዘአብሥሮ ለሕዝቅያስ ንጉሥ ተውሳከ ዓመታት ሎቱ ወአኮ ካልእ ወዝንቱ ዘይሰነዐዎ ለሐዲስ። ዘፍ ፴፪:፳፩-፴፩ ። ዘፀአ ፲፬:፳፩-፴፩። ኢሳ ፴፯:፴፮ ። ፴፰:፭።	58. ያዕቆብ ክሳዕ ዝሰዕሮ፡ ኣብ ሎዛ ንያዕቆብ ዝተቓለሶ ውን ንሱ እዩ። ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ፡ ኣይልወጥን እዩ። ካብ ዝፍቀር ዝተረኽበ ፍቁር ንሱ እዩ። ብድጎሪዚ ንያዕቆብ ብፍጹም ክብሪ ኣኽበሮ። ሕዝቡ ክሳዕ ዝሳገሩን ከም ንቑጽ ምድር ክሳዕ ዝኸዱን ንባሕሪ ዝኸፈሉ፡ ጸላእቶም ውን ዋጥኦ ንሱ እዩ፣ ካልእ ኣይኮነን። ኣብቲ ሰፈር ሰናክሬም ውን ኣብ ሓንቲ ለይቲ 185,000 ሸሕ ሰባት ዘጥፍኦ ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣይኮነን። ዕድመ ከምዝተወሰኾ ንንጉሥ ሕዝቀያስ ዝነገሮ ውን ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ምስ ሓዲስ ዝሰማማዕ እዩ ። ዘፍ. 32፡24-31። ዘፀአ. 14፡21-31። ኢሳ. 37፡36። 38፡5 ።
፶፱ ወበዝየኒ ይቤ እሰመ ለሐኩሁ ለአዳም ይቤሎ አይቴ ሀሎከ ወለሊሁ ዓዲ ዘይቤ በእንተ አልዓዛር አይቴ ቀበርክምዎ ዝንቱ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወዘአኀጕሎ ለፈርያን ለሊሁ ውእቱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወዘፈቀደ አኀጕሎተ እስራኤል ወከልአ ሙሴ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ወአኮ ካልእ ምስሌሁ ወለሊሁ ውእቱ ዘተሰቅለ ዲበ ዕፀ መስቀል በፈቃዱ ወተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ ወተረግዘ ገቦሁ በኵናት ወሞተ በእንቲአነ በሥጋ በፈቃዱ ወበሥልጣኑ በተፈልጦተ ነፍሰ እምነ ሥጋ ወመለኮትሰ ይትዋሐድ ምስለ ሥጋ እንዘ ሀሎ ውስተ መቃብር ወምስለ ነፍስሂ እንዘ ሀለወት ውስተ ሲኦል ወለሊሁ ውእቱ ዘገነዝዎ ዮሴፍ ዘእምአርማትያስ ወኒቆዲሞስኒ ዘመጽአ ኀቤሁ ሌሊተ ወቀበርዎ ውስተ መቃብር ሐዲስ ዘኢተቀብረ ውስቴቱ መኑሂ ለግሙራ ወተንሥአ በሣልስት ዕለት ወዐርገ ውስተ ሰማይ ወነበረ በየማነ ዕበዩ ውስተ አርያም ወውእቱ ይመጽእ በደኃሪት ዕለት ለኩንኖ ሕያዋን ወሙታን ወአኮ ምስሌሁ ካልእ። ዘፍ ፫:፮-፲። ዮሐ ፲፩:፴፬። ፲፱:፳፫-፵፪። ዘፀአ ፲፭:፲።	59. ኣብ ኦሪት ፦- ናይ ኣዳም ፈጣሪ 'ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ' ከምዝበሎ ተነጊሩ እዩ። ሕጂ ውን ንሱ ብዛዕባ ኣልዓዛር ክዛረብ ከሎ 'ንኣልዓዛር ኣበይ ቀበርኩምዎ' ዝበለ ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣይኮነን። ንፈርያን ውን ዘጥፍኦ ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣይኮነን። ንእስራኤል ኸጥፍእ ዝደለየ ሙሴ ግና ዝለመኖ ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣይኮነን። ብፍቓዱ ኣብ መስቀል ዝተሰቐለ፡ ኢዱን እግሩን ዝተሸንከረ፡ ብኵናት ውን ጉድኡ ዝተወግአን ብሥልጣኑ ንነፍሱ ካብ ሥጋኡ ፈልዩ ብሥጋ ስሌና ዝሞተን ንሱ እዩ። ሥጋ ኣብ መቓብር ከሎ መለኮት ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን። ነፍሲ ውን ኣብ ሲኦል ከላ መለኮት ካብ ነፍሲ ኣይተፈልየን። እቲ በዓል ኣርማትያስ ዮሴፍን ለይቲ ናብኡ ዝመጸ ኒቆዲሞስን ዝገነዝዎ፡ ከምኡ ውን ፈጺሙ ሓደ እኳ ኣብ ዘይተቐብረሉ ሓድሽ መቓብር ዝቐበርዎ ንሱ እዩ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ዝተንሥኡ፡ ናብ ሰማይ ዝዓረገ፡ ኣብ ሰማይ ኣብ ዝፋን ጐይትነቱ ዝተቐመጠ ከምኡ ውን ኣብታ ዳጎረወይቲ ዕለት ኣብ ሕያዋንን ምውታንን ንኽፈርድ ዝመጽእ ንሱ እዩ፡ ምስኡ ካልእ ካልኣይ የልቦን ። ዘፍ 3፡6-10።ዮሓ 11፡34።19፡23-42። ዘፀአ 15፡10።
፷ ወከመዝ ውእቱ እምነትነ በ፩ዱ ህላዌ ወበ፩ዱ መለኮት ወበ፫ቱ አካላት ወበ፫ቱ ገጻት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ቀዳማውያን ወበእንተ ትሥጉተ ወልድኒ ቀዳማዊ በከመ ዘከርነ ቀዲሙ ብዙኅ ጊዜያተ	60. እምነትና ውን 'ብባህርይ ብመለኮት ሓደ፣ ብኣካል ብገጽ ሠለስተ' ከምዚ ዝብል እዩ። እዚኣቶም ከኣ ብቅድምና ዝነበሩ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም። ከምቲ ኣቐዲምና ደጋጊምና ዝበልናዮ፡ብዛዕባ ቀዳማዊ ወልድ ሰብ ምኻኑን ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴን

ዘሱኑትዩ ም፡ ፻፲	ዘሱኑትዩ ም፡ 110
በእንተ ቅድስት ሥላሴ ወዝንቱ ውእቱ ዘተመጦነ ወተምህርነ ወዘወረደ ኀቤነ እምአበው መምህራን ወእመራሕያን ወመኃትው ወተሰፋ ጽዱላን ሐዋርያቲሁ ለአምላከ ሰማይ ዘንሰብክ ቦቱ ውስተ ኵሎን አብያተ ክርስቲያናት ገሃደ ወንትአመን በዝንቱ ሃይማኖት በአፍኣኒ ወውስጥኒ በልብ ጽሩይ ወንለቡ በግዕዝ ሠናይ ወበሕሊና ርኅሩኅ ዘእንበለ ኑፋቄ ወንጌይቅ ዓዲ ከመ ንድኅን በዝንቱ ወቦቱ ንረክብ መንግሥተ ሰማያት።	እንአምኖ እምነት እዘ እዩ። ኣብ ኮለን ኣብያተ ክርስቲያናት ገሊጽና እንምህሮ፣ ካብ ምሁራን፡ መምህራን፡ ንተሰፋ ካብ ዘረድኡ ፈላጣት ሊቃውንቲ ከምኡ ውን ካብ ሓቀኛ ሃይማኖት ዝምህሩ ኣምላከ ሰማይ ዝሾሞም ሓዋርያት ተተጎኒዙ ዝመጸናን ዝተረከብናዮን ዝተመሃርናዮን እምነት እዘ እዩ ። በዚ ሃይማኖት'ዚ ውን ብንጹሕ ልቡና፡ ብኣፍናን ብልብናን ንእመን። ብዘይጥርጥር ከኣ ብሥናይ ግብርን ብቕኑዕ ሕሊናን ነስተውዕል። በዚ ከም እንድኅንን ናብ መንግሥተ ሰማያት ከም እንወርስን ንርዳእ ።
፷፩ ወንሕነሰ ንትዌከፍ ዓዲ ፲ተ ወ፪ተ ክፍለ እንተ ዘብፁዕ ወቅዱስ ቂርሎስ ዘእንሐኀለ ዕልወቶ ለንሰጥሮስ ዐላዊ ወዓዲ ንትዌከፍ ድርሳናተ ወቃላተ እንተ ዘአበው ርቱዓነ ሃይማኖት ከዋክብቲሃ ለቤተ ክርስቲያነ እግዚአብሔር ወፈድፋደስ አግናጥዮስ ወአቡሊዲስ ወአትናቴዎስ ወባስልዮስ ወንርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ወንርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ወንርጎርዮስ ዘኑሲስ ኤጲስቆጶስ ወቴዎፍሎስ ወዮሐንስ አፈወርቅ ወኤጲፋንዮስ ወቂርሎስ ወዲዮስቆሮስ ወጢሞቴዎስ ወሳዊሮስ ዘአንጾኪያ ወቴዎድሮስ ዘእስክንድርያ ወአቢሞስ ዘቀሰጥንጥንያ ወኮሎሙ አበው እለ ነበሩ እምቅድሚሆሙ ወእምድኅሬሆሙ ወእለሂ ነበሩ ምስሌሆሙ መምህራነ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት በእንተ ሥነ ፈሪሀ እግዚአብሔር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ኦሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ውስተ አብያተ ክርስቲያናት ዘክርስቶስ ዘእንበለ ነውር።	61. ከምኡ ውን ንሕና፡ ኑቲ ናይ ኩሓዲ ንስጥሮስ ክሕደት ነቃቂሉ ዝደርበየ ብፁዕ ወቅዱስ ቂርሎስ ዝጸሓፎ 12 ክፍሊ ግዘት ንቕበል ኢና። ከምኡ ድማ እቶም ከዋኽብቲ ናይታ እግዚኣብሔር ዝኃደራ ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ ርቱዓነ ሃይማኖት ሊቃውንት ዝደረሰዎ ድርሰትን ዝመሃርዎ ትምህርትን ንቕበል ኢና። ብፍላይ እኳ ናይ በዓል ኣግናጥዮስ፡ ኣቡሊድስ፡ ኣትናቴዎስ፡ ባስልዮስ፡ ገባሬ ተኣምራት ጎርጎርዮስ፡ ነባቤ መለኮት ጎርጎርዮስ፡ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ፡ ቴዎፍሎስ፡ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ኤጲፋንዮስ፡ ቂርሎስ፡ ዲዮስቆሮስ፡ ጢሞቴዎስ፡ ናይ ኣንጾኪያ ሳዊሮስ፡ ናይ እስክንድርያ ቴዎድሮስን ናይ ቀስጥንጥንያ ኣቢሞስን ከምኡ ውን ኮሎም ኣበው ቅድሚኦም ዝነበሩን ድኅሬኦም ዝተንሥኡን፡ ምስኦም ኃቢሮም ዝነበሩ እሞ ኣብታ ሓዋርያት ዝኣኩበዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብዛዕባ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ንወገን ክርስቶስ ዝኾኑ ምእመናን ብዘይ ነውሪ ነታ ኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ዝመሃሩ መምህራን ኮሎም ዝደረሰዎን ዝመሃርዎን ትምህርቲ ንቅበል ኢና ።
፷፪ ወዝንቱ ውእቱ እምነት ውስተ ዛቲ መንበር ሐዋርያዊት እንተ ዘድንግል ንጹሕ ወንጌላዊ ማርቆስ ወይእዜኒ ናሰስል እምኀቤነ ወናርሕቅ እማዕከሌነ ኮሎ ቃሎሙ ለዐላውያን ወተፈልጦሙ ወኮሎ ዘዐለወ ሃይማኖተ ኦርቶዶክሳዊተ።	62. ኣብታ ናይ ንጹሕ ድንግል ወንጌላዊ ማርቆስ ዝኾነት ሓዋርያዊት መንበር እንኣምኖ እምነት እዘ እዩ። ሕጂ ድማ ናይዞም ኮሎም መናፍቓን ነገሮምን ምፍልላዮምን፡ከምኡ ውን ንኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ዝኸሓደ ኮሉ ፈጺምና ካባና ነርሕቕ ።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ዘዲዮናስዮስ ም፥፻፲፩	ዘዲዮናስዮስ ም፥111
ምዕራፍ ፻፲፩ ክፍል ፭	**ምዕራፍ 111 ክፍሊ 5**
፭ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ አባ ዲዮናስዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ጎበ አባ ሱኑትዩ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን በሥላሴ ቅዱሳን ፭ዱ አምላክ እለ ዕሩያን በመለኮት ወበህላዌ ወዕሩያን በቅዳሴ ወበቅድምና ወበምልክና ወበፈጢረ ኵሉ ፍጥረታት ፭ዱ አምላክ ወ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ መለኮት ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ።	1. ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ዲዮናስዮስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ሱኑትዩ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ፥ 'በቶም ፍሉያት ሠለስቱ፡ ሓደ ኣምላኽ ከምዝኾኑ፣ ብምሲጋና ብቅድምና ብኣገዛዝኣን ብፈጢረ ኵሉ ፍጥረታትን ሓደ ከምዝኾኑ፣ ከምኡ ውን ሓደ ኣምላኽ ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት ከምዝኾኑ ንኣምን። ንሳቶም ከኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።'
፪ እሉ እሙንቱ ዘተጠመቅነ ቦሙ ወአመነ በስሞሙ ኅቡራን እሙንቱ ወአልቦ ካልእ አምላክ ዘእንበሌሆሙ ወንትአመን በዝንቱ ህላዌ ወንሰግድ ለዝንቱ ፭ዱ ህላዌ አሐተ ስግደተ እስመ መለኮትሰ ፭ዱ ውእቱ ዘሠለስቲሆሙ ወሠለስቲሆሙ ፭ዱ እሙንቱ በመለኮት ወዝንቱሰ የአክል ለዘቦ ልብ ወአእምሮ ።	2. ብስሞም ዝኣመንናን ብእኣም ዝተጠመቕናን እዚኣቶም እዮም፣ ሓደ እዮም። ብዘይካኣም ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ በዚ ባህርይዚ ንኣምን፡ ነዚ ሓደ ባህርይ ሓንቲ ስግደት ንሰግድ። ናይ ሠለስቲኣም መለኮት ሓደ እዩ። ሠለስቲኣም ውን ብመለኮት ሓደ እዮም። ነቲ ልብን ፍልጠትን ንዘለዎ እዚ ይኣኽል እዩ።
፫ ይትዋሐዱ በመለኮት ወይሜለሱ በአካላት በከመ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት እስመ መለኮትሰ አኮ ውዑእ ውእቱ እምእሉ ፫ቱ አካላት ከመ ኢይባእ ተጋብኦተ አማልክት ወኢነአምን ካልአ እምዝንቱ ወኢንብል ፫ት አማልክተ እመሰ ንቤ ፍሉጥ ውእቱ ንከውን ዐላውያነ ወኢንብል መለኮተ ፍሉጠ ወኢናመጽእ ድካመ ለመለኮት ወሶበሂ ንፈሲ ቅድስተ ሥላሴ ፍሉጣነ መለኮት ዘከመ አካላቲሆሙ ንትአመን እምነተ ሰይጣናዌ ከመ አይሁድ እለ አልቦሙ አምላክ ንሕነሰ ሰበክነ ከመዝ ወንሰግድ ለ፭ዱ አምላክ ለባሕቲቱ ወንትአመን በ፭ዱ መለኮት ዘሠለስቱ አካላት ።	3. ከምቲ እቲ ሓድነትን ሠለስትነትን ዝመሃረ ጎርጎርዮስ ዝበሎ፥ 'ብመለኮት ሓደ እዮም፡ብኣካል ግና ሠለስተ እዮም።' መለኮት ካብዘም ሠለስተ ኣካላት ፍሉይ ኣይኮነን። ኣምልኾ ብዙኃት ኣማልኽቲ ምእንቲ ከይመጽእ፡ ብዘይካዚ ካልእ ሃይማኖት ኣይንኣምንን ኢና። ሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይንብልን። 'ፍሉይ እዩ' እንተ ደኣ ኢልና ግና መናፍቓን ኢና ንኸውን' ክብል ከም ዝተዛረበ። 'መለኮት ዝተኸፋፈለ እዩ' ኣይንብልን፣ 'መለኮት ውን ሕፀፅ (ጉድለት) ኣለዎ' ኣይንብልን። ንቅድስት ሥላሴ 'ከምቲ ኣካሎም ብመለኮት ፍሉያት እዮም' ኢልና እንተ ደኣ ኣሚንና፥ ከምቶም ኣምላኽ ዝተፈልዮም ኣይሁድ ሰይጣናዊ ሃይማኖት ንኣምን ኣሎና ማለት እዩ። ንሕና ግና 'ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ' እናበልና ከምዚ ኢልና ንምህር። ንሓደ ኣምላኽ ጥራይ ንሰግድ፣ ቡቲ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ዝኾኑሉ ሓደ ኣምላኽ ንኣምን ።
፬ ንሕነሰ ኢንበውእ እንበይነ ከፈለ መለኮት ወመንግሥት አላ ንሰብክ ገሀደ ወንብል ፭ዱ መለኮት ወ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ ፈቃድ ወአሐቲ ሥምረት ወ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንበለ ተዘርዎ ህልዋን እሙንቱ በበአካላቲሆሙ ወሎሙ ፍጹሚ ወቦሙ ይደሉ ተጠምቆ ወአሚን። ማር ፲፭፥፲፭ ።	4. ንሕናሰ ናብ መለኮትን መንግሥትን ምኽፋል ኣይንኣቱን ኢና። 'ሓደ መለኮት ሓደ ባህርይ ሓደ ፍቓድ ሓንቲ ሥምረት፡ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት' እናበልና ብግልጺ ንምህር። ብዘይ ምፍልላይ በብኣካሎም ጸኒዖም ይነብሩ፡ ፍጹምነት ገንዘቦም እዩ፡ ብእኣም ኣሚንካ ምጥማቐ ይግባእ ። ማር. 16፡16 ።
፭ ወዓዲ ነአምን ከመ ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዝማን ዘኢተፈጥረ ወኢተገብረ ውእቱ እግዚአብሔር	5. ከምኡ ድማ ቅድሚ ኵሉ ዕለትን ዘመንን ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተወልደ፡ ዘይተፈጥረ፡ ዘይተገብረ፣ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ዝኾነ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል ካብ ሓድነት **አብ** ከይተፈለየ

ዘዲዮናስዮስ ም፡ ፻፲፩	ዘዲዮናስዮስ ም፡ 111
እንዘ ቃል አሐዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ኀቤነ ኢይትፈለጥ እምሕፅነ አቡሁ ወኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ንጽሕት ማርያም ወላዲተ አምላክ እግዝእትነ ኀድረተ ውዱሰ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወተሰብአ እምኔሃ ወእመንፈስ ቅዱስ ወነዋ ነሥአ እምኔሃ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወለሊሁ ዕሩይ ምስሌነ በህላዌ ትስብእት በኵሉ ግብር ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወበእንተዝ ተዋሐደ ቦቱ በፅዱ ህላዌ ወበፅዱ አካል ዘእንበለ ውላጤ ወኢሚጠት እንበለ ተከፍሎ ወኢፍልጠት።	ካብ ሰማይ ከም ዝወረደ፣ ከምኡ ውን ኣብ ማኅፀን ድንግል ንጽሕት ወላዲት አምላኽ እመቤትና ማርያም ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ፍሉይ ኅድረት ከምዝኃደረ፡ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኣ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን። ነባቢት ለባዊት ነፍስ ዘለዎ ሥጋ እንሆ ካብኣ ወሰደ። ቡቲ ሰብ ዝኾነሉ ባህርይ ብኽሉ ሥራሑ ምሳና ሓደ እዩ፣ ብዘይ በይና ኃጢኣት ኮኑ ናትና ሥራሕ ፈጸመ። ስለዚ ድማ ነቲ ምኽፋል ኮነ ምፍላይ ዘይብሉ ባህሪኡ ከይኃደገን ከይተለወጠን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮይኑ ንእኡ ተዋሓደ ።።
፮ ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኮነ ዕሩየ ምስሌሁ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢአሐተ ሰዓተ ወኢከመ ቅጽበተ ዓይን ወኢፈለሰ ህላዌ ትስብእት ለከዊነ መለኮት ወመለኮተ ቃልሂ ለከዊነ ትስብእት ወባሕቱ ተዋሐደ ተዋሕዶተ እሙነ ፍጡነ በዘመን ንስቲት እንበለ ተከፍሎ በከመ ነበቡ ነባብያን እንዘ ይብሉ ሶበ አብሠራ መልአክ ገብርኤል ክቡር ሊቀ መላእክት ዘተአምነ ላዕለ ዝንቱ ምሥጢር ዓቢይ እንተ ዘተሰብአ አምላክ ወይቤላ ለድንግል ንጽሕት ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልዕተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ወበጊዜሃ በቅጽበት ተሰብአ እግዚአብሔር ቃል ወኮነ ሥጋ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ። ሉቃ ፩፡፳፯-፴፭ ።	6. ድኅሪ ተዋሕዶ፣ ንሓንቲ ሰዓት ይኹን ንከም ቅጽበተ ዓይኒ ውን እንተኾነ ከይተፈልየ ምስ ሥጋ ሓደ ኾነ። ባህርየ ሥጋ ናብ መለኮት ምኻን፣ ባህርየ ቃል ውን ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። እኳ ደኣ ከምቲ መምህራን ዝምህርዎ፣ 'ነቲ ሰብ ዝኾነ አምላኽ ዝፈጸሞ ነዚ ዓቢይ ምሥጢርዚ ዘተኣመነ፡ ክቡር ሊቀ መላእኽቲ ቅዱስ ገብርኤል 'ደስ ዝበለኪ ጸጋ ዝተመላእኺ ኦ እምበይተይ! እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ እሞ ተሓጉሲ' ክብል ንንጽሕቲ ድንግል ኣብ ዘብሠረሉ ጊዜ፣ ሽዑ እግዚኣብሔር ቃል እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ፈጢሩ ሰብ ኮነ። እንከይተኸፍለ 5500 ዓመት ምስ ተፈጸመ ቀልጢፉ ሓቀኛ ተዋሕዶ ተዋሓደ ።። ሉቃ. 1፡26-39 ።።
፯ በከመ ይቤ አትናቴዎስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ መምህረ ሃይማኖት ወማኅቶተ ዓለም ወሶበ ፈጸመ ፱ተ አውራኁ ውስተ ማሕፀና ለድንግል በኵሉ ጊዜ ወንጽሕት ዘበአማን እንተ ዕንስ እጓለ እመሕያዊ ከመዝ ወፅአ እምኔሃ እግዚአብሔር ቃል ከዊኖ ሰብአ ፍጹመ እንዘ ኢያርኁ ማኅተመ ድንግልናሃ ወበእንተ ዝንቱ ነአምን ባቲ ከመ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ዘበአማን እምነተ ጽዱቀ እሙነ ፀንሰቶ በድንግልና ወወለደት አምላከ ሥግው ወብእሴ ፍጹመ ዝኩ ዘተሳተፈነ በሥጋ ወደም በከመ ይቤ ሐዋርያ አምላካዊ ወተመሰሎሙ ለአኃዊሁ በኵሉ ግብር ዘሥጋ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወተሰምየ አማኑኤልሃ ወኃደረ ምስሌነ ከመ ሰብእ ወውእቱ ይትዔረየነ ወይትሌዐለነ ወይትሌዐል እምኵሉ ፍጥረት በለብዎ አምላካዊ እለመ አምላክ ወሰብእ ውእቱ። ዕብ ፪፡፲፯ ።	7. ከምቲ እቲ ብርሃን ዓለምን መምህር ሃይማኖትን ናይ እስክንድርያ ሓለቓ ኤጲስቆጶሳት ኣትናቴዎስ ዝበሎ፡ 'ኣብ ማኅፀን እታ ብሓቂ ንጽሕትን ኵሉ ጊዜ ድንግልን ዝኾነት እመቤትና ንሰብኣዊ ፅንሲ ዝተወሰነ፡ ትሸዓተ ወርኀን ኃሙሽተ መዓልትን ድኅሪ ምፍጻሙ እግዚኣብሔር ቃል ብከምዚ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ማኅተመ ድንግልናኣ ከይተለወጠ ካብኣ ተወልደ። ስለዚ ድማ ብሓቂ ወላዲት አምላኽ ከምዝኾነት ንዝተረድአ ሃይማኖት ንእምነላ።' ብሓቂ ብድንግልና ፀኒሳ ፍጹም ሰብ ዝኾነ አምላኽ ወለደት። ከምቲ እቲ አምላኽ ዝኃደሮ ሓዋርያ 'ብዘይ በይና ኃጢኣት ብኽሉ ሰብኣዊ ሥራሕ ንኣኀዋቱ መሰሎም' ዝበሎ እዩ። ብሥጋን ደምን ዝተዛመደና ንሱ እዩ፣ 'ኣማኑኤል' ተሰምየ፣ ሰብ ብምኻኑ ምሳና ነበረ፡ ምሳና ውን ሓደ እዩ። ብኣምላካዊ ፍልጠት ግና ልዕሌና እዩ፣ ካብ ኵሉ ፍጥረት ውን ይበልጽ እዩ። ምኽንያቱ 'አምላኽን ሰብን' እዩ ።። ዕብ. 2፡17 ።።

ዘዲዮናስዮስ ም፡፻፲፩	ዘዲዮናስዮስ ም፡111
፰ ወሶቤሃ ጠበወ ሐሊበ ወነ/ሥአ ሎቱ ልህቀተ በበሕቅ በኵሉ ዘመን ወተውላጠ ሥርዓትነ ኮላ አጽደቀ ወፈቀደ ከመ ያርኢ በዝንቱ ጽድቀ ትሥጉቱ ዘእንበለ ተቃርኖ ወኮነ ሰብአ እሙነ ገሃደ ወውእቱ እምፀቱ ህላዌያት ወፀቱ አካላት ፍጹማነ ዐቅም ወሥርዓት ዘውእቶሙ መለኮት ወትሰብእት ወበእንተዝ ንብል ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካል ወ፭ዱ ገጽ ወ፭ዱ መሢሕ ወ፭ዱ እግዚእ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወፍጹም ውእቱ ተዋሕዶቱ በ፭ዱ ምግባር ዘኢይትነገር ዘመለኮትሂ ወዘትሰብእትሂ ከመ ያጽድቅ በዝየ ተፈልጦተ ህላዌያት ዘኮነ እምኔሆሙ ክርስቶስ ፭ደ ህላዌ ኀቡረ በተዋሕዶ ዘኢይትነገር።	8. ሸዐ ጸባ ጠበወ፡ ኣብ ኮሉ ዘመኑ ውን በብቑሩብ ዓበየ፣ ምልዋጥ ናይ ኮሉ ሥርዓትና ውን ሓቂ ገበረ። በዚ ድማ ሓቀኛ ሰብ ምኻኑ ብዘይ ክርክር ከርኢ ፈተወ። ብግልጺ ብርዱእ ውን ሓቀኛ ሰብ ኮነ። እዚ ድማ ካብቶም ፍጹም ልክዕ መጠን፡ ፍጹም ሥርዓት ዘለዎም ክልተ ባህርያትን ክልተ ኣካላትን ሓደ ዝኾነ እዩ። እዚኣቶም ኸኣ መለኮትን ትሰብእትን እዮም። ስለዚ ድማ 'ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ጐይታ ከምዝኾነ' ንዛረብ ኣሎና። እቲ ተዋሕዶ ቡቲ ዘይምርመር ናይ መለኮትን ትሰብእትን ገንዘብ ዝኾነ ሓደ ሥራሕ ፍጹም እዩ፣ እዚ ኸኣ ነቲ ብዘይምርመር ተዋሕዶ ካብኣም ክርስቶስ ሓደ ባህርይ ዝኾኖሎም ናይዞም ባህርያት ዘይምትሕውሳ ንኸረድእ ዝኾነ እዩ ።
፱ ወይእዜኒ ናእትትኬ እምኔነ ወናርሕቅ እማእከሌነ ኵሎ ፍልጠተ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር በከመ ነበበ ቅዱስ ቄርሎስ ወአኮ ዘንትቀነይ ለተውላጣት እንተ ዘአብዳን ዕልዋነ ሃይማኖት እለ ይተግሁ ወይትባደሩ ለከፈለ ህላዌ እሰመ ተዋሕዶሰ ጽድቀ ውእቱ እምኵሉ ፍና ኢኮነ ፪ተ አላ ፭ዱ ውእቱ ክርስቶስ ዘንሌብዎ እምፀቱ ህላዌያት ወእለሰ ይብሉ በእንተ ክርስቶስ አምላክነ ዘኢይትከፈል ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ፪ቱ ህላዌያት ወይከፍልዎ ኀበ ፪ቱ ክፍል አው ኀበ ፪ቱ ገጽ አው ኀበ ፪ቱ አካል አው ኀበ ፪ቱ ህላዌ አው ኀበ ፪ቱ መሢሕ አው ኀበ ፪ቱ ምግባር ንሕነ ንነድፎሙ በሐጸ ግዘት።	9. ከምቲ ቅዱስ ቄርሎስ ዝበሎ፣ ሕጂ ውን ነቲ ድኅሪ ዘይምርመርን ተዋሕዶ ባህርያት በብርእሶም እየም ዝብል ካባናን ካብ ጉባኤናን ነርኀቐ። ንክሕደት ናይቶም 'ተለወጠ፡ ክልተ ባህርይ ኮነ' ንምባል ዝተግሁን ዝቀዳደሙን ሃይማኖት ዝለወጡን ኣእምሮ ዘይብሎምን መናፍቓን፣ 'ተለወጠ ክልተ ባህርይ ኮነ' ዝብልዎ ንግዚኡ ኣይኮንናን። ከመይ ተዋሕዶ ብኾሉ ሥራሑ ሓቂ እዩ። ካብ ክልተ ሓደ ከምዝኾነ እንፈልጦ ክርስቶስ ሓደ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን። ነቶም ነቲ ድኅሪ ዘይምርመር ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ዘይክፈል ኣምላኽና ክርስቶስ፣ 'ክልተ ባህርይ' ዝብሉን፡ ናብ ክልተ ወገን ወይ ናብ ክልተ ገጽ ወይ ናብ ክልተ ኣካል ወይ ናብ ክልተ ባህርይ ወይ ናብ ክልተ ክርስቶስ ምባልን ናብ ክልተ ሥራሕ ዝኾፍሉን ንሕና ኣውጊዝና ንፈልዮም ኢና ።
፲ እመሰ ክርስቶስ ኮነ እምድኅረ ተዋሕዶ ይትዐወቅ በ፪ቱ ህላዌያት በከመ ይቤሉ ዐላውያን ተዋሕዶ ይጠፍእ ላዕለ ኵሉ ገጻት እንከሰ ይደልዎ እምኵሉ ፍና ይኩን ፪ተ አካላተ እሰመ ኢይትረከብ ህላዌ እንበለ አካል ኢመልዕልተ ሰማይ ወኢበምድር ወኢበታሕቴሃ ወእሉሰ ዐላውያን ይፈስይዎ ለእግዚእነ ክርስቶስ ፪ተ አካለ ወ፪ተ ገጸ ወ፪ተ መሢሐ ፪ተ እግዚአ በንባቦሙ ርኵስት ከመዝ እምይእዜሰ እሰመ ሥላሴ ኢኮነ ሥላሴ አላ ኮነ ርባዔ ወዘንቱሰ ንባብ ሙሱን ወርኩስ ክሕደት ወዕልወት ዓቢይ ወተቃራኒሁ ለእግዚአብሔር ልዑል ውእቱ ።	10. ከምቲ መናፍቓን ዝብልዎ ድኅሪ ተዋሕዶ እቲ ሓደ ክርስቶስ ብኽልተ ባህርይ ዝፍለጥ እንተኾይኑ ብኮሉ ሥራሕ ተዋሕዶ ይጠፍእ። እምበኣር ከምዚ እንተኾይኑ ውን ብኾሉ ሥራሕ ክልተ ኣካል ኪኸውን ኣለዎ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድርን ትሕቲ ምድርን ባህርይ ዘለዎ ኣካል ኣይርከብን እዩ። እዞም መናፍቓን ግና በዚ ርኹስ ዘረባኦም ንጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ክልተ ኣካል ክልተ ገጽ ክልተ ክርስቶስ ክልተ ጐይታ ይገብርዎ። ከምዚ እንተኾይኑ ውን እቲ ሠለስትነት ኣርባዕትነት ይበሃል እምበር ሠለስትነት ኣይበሃልን እዩ። እዚ ጥፋእን ርኹሰን ክሕደት፡ ፍጹም ዓቢይ ውድቀት እዩ። ነቲ ልዑል እግዚኣብሔር ውን ዝቃወም እዩ ።

ዘዲዮናስዮስ ም፡፻፲፭	ዘዲዮናስዮስ ም፡111
፲፭ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን በከመ አቀደምነ ባህለ ነአምሮ ለእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ፭ዱ ውእቱ እንበለ ውላጤ ወሥላሴሂ ዓዲ ይሄሉ በሥላሴሁ ወኢይከውን ራብዓየ ዕሩይ ውእቱ ምስለ አቡሁ በህላዌ መለኮቱ ወለነሂ ይትዔረየነ በትስብእቱ ወለሊሁ ውእቱ ብእሲ ፍጹም ዘበአማን ወይትናገር ዘይደሉ ለመለኮት ወገብረ መንክራተ አምላካዌ ዘይትሌዐል እምኔነ ከመ አምላክ።	11. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፥ ነቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ንፈልጦ ኢና። ብዘይ ምልዋጥ ሓደ እዩ። ሠለስትነት ኸኣ ብሠለስትነቱ ጸኒዑ ይነብር፣ እቲ ብባህርየ መለኮቱ ምስ ኣቦኡ ሓደ ዝኾነ ንሱ ራብዓይ ኣይከውንን እዩ። ሰብ ብምኾኑ ውን ንኣና ይመስለና፣ ንሱ ብሓቂ ፍጹም ሰብ ኮነ፣ ንኣምላኽነት ዝግብኦ ውን ይዛረብ፣ ኣምላኽ ብምኾኑ ውን ካባና ንላዕሊ ዝኾነ ግብሪ ኣምላኽነት ሠርሐ ።
፲፮ ወውእቱ ዓዲ ገብረ ግብራተ ትስብእት እንዘ ውእቱ ክመ ይትዋሐድ ምስለ መለኮት ወተወክፈ ኵሎ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ዘውእቱ ረኃብ ወጽምእ ወደኪም እምሐዊረ ፍኖት ተሰቅሎ ዲበ ዕፀ መስቀል ወተቀንዎ በቅንዋተ ሐፂን ወውእቱ ክመ ፍጡር በስብእናሁ ወፈጣሪ በመለኮቱ ወአልቦቱ ፍልጠት ለግሙራ ድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትከፈል ወለሊሁ ውእቱ ዘሐመ ወሞተ በእንቲኣነ ክመ ሰብእ ወውእቱ ክመ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮቱ ወኢይትዌከፍ ሕማማተ ወሞተ።	12. ንሱ ኮሉ ሳዕ ካብ መለኮቱ ከይተፈልየ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ንኾሉ ሥራሕ ሰብነት ናቱ ገበረ፥ እዚ ድማ ጥሜት ጽምኢ መንገዲ ብምኻድ ምድካምን ኣብ መስቀል ብቅንዋተ ሓፂን ምሸንካርን እዩ። ንሱ ብሰብነቱ ሰብ እዩ፡ ብኣምላኽነቱ ድማ ሰብ ዝፈጠረ እዩ። ግና ድኅሪ እቲ ዘይኽፈል ተዋሕዶ ምኽፋል የብሉን። ሰብ ብምኾኑ ስሌና ዝሓመመ ዝሞተ ንሱ እዩ፣ ብመለኮቱ ግና ፍጹም ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ፡ ሕማም ኮነ ሞት የብሉን።
፲፯ ዝንቱ ውእቱ ዘቀተሎ ለሞት በሞቱ ወፂወዎ ለሲኦል በትንሣኤሁ በሠሉስ መዋዕል ወአብርሀ ሕይወተ ለኵሉ ወኢማሰነ ለግሙራ ወአጽደቀ አምላክናሁ ለኵሉ ወአጥፍአ ሙስና እምኔነ ወአግዐዘነ እምአርዑተ ኃጢኣት ዘቀነየነ በዐሊዎተ አቡነ አዳም ቀዳሚ ብእሲ ወይእዜኒ ንትኤዘዝ ለቃለ ሐዋርያ አምላካዊ ወለመንፈስ ቅዱስሂ ዘነበበ ውስቴቱ እንዘ ይብል እመቦ ዘመሀረክሙ ካልአ እም ዘመሀርናክሙ ውጉዝ ለይኩን ወለእመሂ ኮነ መልአክ እምሰማይ ውጉዝ ለይኩን።	13. ብሞቱ ንሞት ዘጥፍአ ንሱ እዩ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ብምትንሣኡ ንሲኦል ማረኻ፡ ንኾሎም ውን ትንሣኤኡ ገለጸ። ፈጺሙ ኣይተለወጠን። ንኾሉ ውን ኣምላኽነቱ ኣረድኣ። ንሙስና መቓብር ካባና ኣጥፍኣ። ነቲ ብምኽንያት ትእዛዝ ምፍራስ ቀዳማይ ሰብ ኣቦና ኣዳም ኣባና ሠልጢኑ ዝነበረ ኃጢኣት ካብ ምግዛእ ኣድኃነና። ሕጂ ድማ ነቲ 'ካብቲ ንሕና ዝመሃርናኩም ወጻኢ ካልእ እንተመሃረኩም ውጉዝ ይኹን፣ ዋላ ውን ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ እንተኾነ ውጉዝ ይኹን' ክብል እቲ ኣምላኽ ዝኃደሮን መንፈስ ቅዱስ ኣብኡ ኃዲሩ ዘዛረቦን ሓዋርያ ጳውሎስ ዝመሃሮ ትምህርቲ ንተኣዘዝ ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፡ ፻፲፪

ምዕራፍ ፻፲፪ ክፍል ፩

፩ እመልእክተ አቡነ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ጎበ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ነአምን ወንትአመን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ በ፩ዱ ህላዌ ወበ፩ዱ መለኮት ወበ፩ዱ ክብር ወበ፩ዱ ዕበይ ወበ፩ዱ ስብሐት ፫ቱ አካላት ቅዱሳን ዕሩያን በህላዌ ወበአስማት ሊሉያን እንበለ ፍልጠት ወእስትጉቡኣን በመለኮት ፩ዱ ፈቃድ ወአሐቲ ሥምረት ወአሐቲ መንግሥት ወአሐቲ ሥልጣን ወአሐቲ ኃይል ወ፩ዱ እግዚእ ።

፪ ተዋሕዶ በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ተጋብአ በተከፍሎ ወተከፍሎ በተጋብአ ፩ዱ አምላክ ፈጣሬ ኵሉ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ይትከፈሉ በትሥልስት ወይትመለኩ በተዋሕዶ አብ ዘበአማን ቀዳማዊ እምቀዲሙ ወውእቱ ጥንተ ኵሉ መዋዕል ቀዳማዊ ወላዲ ወኢተወላዲ ወውእቱ ህልው በአካሉ ወበገጹ ወቦቱ ሥርዓተ አብና ወወልድሂ ቀዳማዊ ዘተወልደ እምአብ ቅድመ እምቀድመ ኵሉ መዋዕል ወህልው ውእቱ እስከ ለዓለም በአካሉ ወበገጹ ወቦቱ ሥርዓተ ወልድና ተወልደ እምአብ ወኢይሰመይ አበ ወኢመንፈስ ቅዱስ ወኢወላዴ አላ ተወላዲ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስሂ ወፅአ እምአብ ውእቱ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ህልው ውእቱ እስከ ለዓለም በአካሉ ወበገጹ ወሎቱ ሥርዓተ መንፈስ ቅዱስና ወፅአቱ እምአብ ኢይሰመይ አበ ወኢወልደ ።

፫ ወሶበሰ ንሌብዎሙ ለ፩ዱ ለእሉ ፫ቱ አካላት እስመ ውእቶሙሰ ፩ዱ አምላክ እሙንቱ ወ፩ዱ እግዚእ ኅቡረ እስመ ፩ዱ መለኮት ውእቱ ዘሠለስቲሆሙ ወሠለስቲሆሙ ፩ዱ እሙንቱ በመለኮት ኢይትፈለጡ ወኢይትከፈሉ ለግሙራ በ፩ዱ ህላዌ ወበአሐቲ መንግሥት ወሶበሂ ንቤ ፩ዱ አምላክ አኮ ዘያበጥል ላዕሌነ ዘንተ ተሰምዮተ ፫ቱ አካላት እስመ ለለኵሉ ፩ዱ እም፫ቱ አካላት ህልዋን እሙንቱ በበአካላቲሆሙ እምቀዲሙ እስከ ለዓለም ወተሰምዮተ ሠለስቱ አካላትሂ አኮ ዘይከፍል ላዕሌነ መለኮተ ፩ደ እስመ ፩ዱ ውእቱ ወይሄሉ በተዋሕዶ እስከ ለዓለም እንበለ ተፈልጦ እስመ ቅድስት ሥላሴ ትትዋሐድ እንበለ ተከፍሎ ወትትከፈል በተዋሕዶ ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፡ 112

ምዕራፍ 112 ክፍሊ 1

1. ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ኣክርስቶዶስ ናብ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዮሐንስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፣ 'ብሓደ ባህርይ ብሓደ መለኮት ብሓደ ክብሪ ብሓደ ጉይትነት ብሓደ ምስጋና ጸኒያም ዝነበሩ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንኣምንን ንተኣማመንን። ፍሉያት ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ብባህርይ ሓደ እዮም፣ ብዘይ ምፍልላይ ውን ብስም ሠለስተ እዮም፡ ብመለኮት ከኣ ሓደ እዮም። ሓደ ፍቓድ፡ ሓንቲ ሥምረት፡ ሓንቲ መንግሥቲ፡ ሓንቲ ሥልጣን ሓንቲ ኃይልን ሓደ ጉይትነትን።

2. ሓድነት ኣብ ሠለስትነት፡ ሠለስትነት ድማ ኣብ ሓድነት ኣሎ። ሓድነት ኣብ ምፍላይ፡ ምፍላይ ድማ ኣብ ሓድነት ኣሎ። ኵሉ ዝረአን ዘይርአን ዝፈጠሩ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ሓደ ኣምላኽ እዮም። ብኣካል ሠለስተ፡ ብመለኮት ከኣ ሓደ ተባሂሎም ይምለኹ። ናይ ባህርይ ኣምላኽ **አብ** ብቕድምና ዝነበረ ቀዳማዊ እዩ፡ ዕለትን ዘመንን ኵሉ ዘርከበ እዩ፡ ወላዲ እዩ፡ ተወላዲ ኣይኮነን፣ ብኣካሉን ብገጹን ተፈልዩ ጸኒዑ ይነብር፡ ሥርዓተ ኣቦነት ገንዘቡ እዩ ። ከምኡ ውን ቀዳማዊ ወልድ ኣቐዲሙ ካብ **አብ** ዝተወልደ እዩ፡ ቅድሚ ኵሉ ዘመናት ዝነበረ እዩ፣ ንዘለዓለም ብኣካሉን ብገጹን ተፈልዩ ጸኒዑ ይነብር፣ ሥርዓተ ወልድነት ገንዘቡ እዩ፣ ካብ **አብ** ተወልደ ፡ **አብ** ወይ መንፈስ ቅዱስ ኣይበሃልን፣ ተወላዲ እዩ እምበር ወላዲ ኣይኮነን። ከምኡ ድማ መንፈስ ቅዱስ ካብ **አብ** ዝሠረጸ እዩ፣ ቅድሚ ኵሉ ዘመናት ዝነበረ እዩ፣ ንዘለዓለም ብኣካሉን ብገጹን ተፈልዩ ጸኒዑ ይነብር፣ ሥርዓተ መንፈስ ቅዱስነት ገንዘቡ እዩ፣ ምርካቡ ካብ **አብ** እዩ፡ **አብ** ወይ ወልድ ኣይበሃልን።

3. ዋላ እኳ ነዞም ሠለስተ ኣካላት በብሓደ እንተ ፈለጥናዮም ንሳቶምሲ ሓደ ኣምላኽ እዮም። ብሓድነት ሓደ ጉይታ እዮም። ናይ ሠለስቲኡም መለኮት ሓደ ስለዝኾነ ሠለስቲኡም ብመለኮት ሓደ እዮም። ብሓደ ባህርይ ብሓደ መንግሥቲ ፈጺሞም ኣይፈላለዩን እዮም። ዋላ ውን 'ሓደ ኣምላኽ' እንተ በልና ነዚ 'ሠለስተ ኣካላት' ምባል ዘፍርሰልና ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፎም ኵሎም ሠለስተ ኣካላት ውን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክሳዕ ዘለዓለም በብኣካሉም ጸኒያም ስለዝነበሩ እቲ 'ሠለስተ ኣካላት' ምባል፡ ነቲ ሓደ መለኮት ብኣና 'ሠለስተ' ዘስምዕ ዝኾፋፍል ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ሓደ እዩ፡ ብሓድነቱ ውን ብዘይ ምኽፋል ንዘለዓለም ጸኒዑ ዝነበር እዩ፡ እታ ፍልይቲ ሠለስትነት ውን ብዘይምክፍፋል እያ ሓደ ትኸውን፡ ብሓድነት ድማ ሠለስተ እያ ትኸውን ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥፻፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
፬ ወኢይክሉ ኵሎሙ ፍጡራን ዘመልዕልት ወዘመትሕት ይክህሉ ረኪበ ዝንቱ ምሥጢር ዓቢይ ዘይትሌዐል እምኵሉ ልቡና ወንባብ ወይትዐዶ እምኵሉ ዐቅም ወወሰን ወባሕቱ ዘንተ ጸሐፍነ ወአይዳዕነ ኀዳጠ እምብዙኅ ለአብናክ አምላካዊት በከመ ተምህርነ እምአበው ለባስያነ እግዚአብሔር ወማኅደራተ መንፈስ ቅዱስ ዐቃብያነ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዘእግዚአብሔር ቅድስት ወንሕነኒ ይእዜ ዐዚዛን ምእመናን በትምህርታቲሆሙ ዘተምህርነ እምቅድሳቲሆሙ ።	4. ኵሎም አብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ፍጡራን ውን ነዚ ልዕሊ ምርምር ልብን ብቻል ምዝራብን ዝኾነ ከምኡ ውን ካብ ኵሉ ዓቑንን ወሰንን ዝተፈልየ፥ ነዚ ዓቢይ ምሥጢርዚ መርሚሮም ክፈልጡ ኣይክኣሎምን እዩ። ግናኸ ነዚ ጸሓፍና፣ ካብ ብዙኅ ብውሑዱ ውን ነታ ነገረ ኣምላኽ እትምህር ኣቦነትካ ኣረዳእና። እዚ ኾኣ ካብቶም መንፈስ ቅዱስ ዝኃደሮምን እታ እግዚኣብሔር ዝኃደራ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዝተቐበሉዎም ምሥጢራት ዝሕልዉን መኃደሪ እግዚኣብሔር ዝኾኑን ኣቦታት ከምዝተመሃርና እዩ። ሕጂ ውን ንሕና ቤተ ካብቲ ፈላጥ ሰብኡቶም ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ ኣሚንና ጸኒዕና ንነብር ኣሎና።
፭ ናወግዝ ዓዲ ወንሚንን ሃይማኖተ አቡሊናርዮስ ዘይሬሲ ውስተ ቅድስት ሥላሴ መዐርጋተ ወክሂሎታተ ፍሉጣተ ወይብል ከመዝ በንባቡ ሙሰንት ዐቢየ ወዘየዐቢ እምኔሁ ወዘይፈደፍድ ዕበየ ወዝንቱሰ ዕልው ይሰምዮ ለመንፈስ ቅዱስ ዐቢየ እምነ ፍጡራን ወለወልድሂ ዘየዐቢ እምኔሁ ወለአብሂ ትሩፈ ዕበይ ወዓዲ ይብል በዕልወቱ እስመ አብሰ ኢይትኄለቀ በኃይል ወበመለኮት ወወልድሰ ጕሉቍ በኃይል ወአኮ በመለኮት ወመንፈስ ቅዱስ ጕሉቍ በኃይል ወመለኮት።	5. ከምኡ ውን ነቲ ‘ኣብ ቅድስት ሥላሴ ዝተፈላለየ መዓርግን ዝተፈላለየ ሥልጣንን ሂቡ’፥ ቤቲ ክፋእ ክሕደቱ ‘ካብኡ ዝዓቢይ ኣሎ፣ ካብዚ ውን ዝበልጽ ኣሎ’ ንዝብሎ ናይ መናፍቅ ኣቢሊናርዮስ ክሕደት ንነቅፍን ነውግዝን ኢና። እዚ መናፍቅዚ ‘መንፈስ ቅዱስ ካብ ፍጡራን ይበልጽ፥ ወልድ ድማ ካብ መንፈስ ቅዱስ ይበልጽ፣ **ኣብ** ከኣ ብጐይትነት ፍጹም እዩ’ ይብል። ደጊሙ ውን ቤቲ ክሕደቱ፥ ‘**ኣብ** ብሥልጣን ብመለኮት ኣይውሰንን እዩ፣ ወልድ ኾኣ ብሥልጣን ይውሰን እዩ ብመለኮት ግና ኣይውሰንን እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብሥልጣንን ብመለኮትንን ይውሰን እዩ’ ይብል።
፮ ወናወግዝ ዓዲ ሰባልዮስሃ ረሲዐ ዘአስተጋብአ ቅድስት ሥላሴ በፎዱ አካል ወዘንቱሰ ዐላዊ ቦ ጊዜ አመ ይሰሚ በመዋዕለ ብሊት አበ ወበመዋዕለ ትስብእትሂ ለቃል ወልደ ወበመዋዕለ አርዳእሂ ይሰሚ መንፈስ ቅዱስ ወኢይሁብ ክብረ ዘይደልዎሙ ለሥሉስ ቅዱስ እስመ አካላት ጽዱቃን እሙንቱ በፎዱ ህላዌ አምላካዊ ንሕነሰ አርቶዶክሳውያን ነአምን በቮቱ አካላት ወበቮቱ ገጻት ዘበአማን እንዘ ፎዱ ህላዌ ወፎዱ መለኮት ናመልኮሙ ወንሰግድ ሎሙ አሐተ ስግደተ ።	6. ከምኡ ውን ነቲ ነዞም ሠለስተ ኣካላት ኣብ ሓደ ኣካል ዝወሰነ ኩሓዲ ሰባልዮስ ነወግዞ ኢና። እዚ መናፍቕዚ ‘ ኣብ ዘመነ ብሉይ **ኣብ** ተባህለ፥ ኣብቲ ቃል ሰብ ዝኾነሉ ጊዜ ድማ ወልድ ተባህለ፥ ኣብ ዘመን ሓዋርያት ከኣ መንፈስ ቅዱስ ተባህለ’ ይብል። እቶም ኣካላት ቤቲ ኣምላኽነት ዘለዎ ሓደ ባህርይ ዝተፈልጡ እንከለዉ፥ ንሱ ግና ንሥለስተ ኣካላት ዝግብኦም ክብሪ ሂቡ ኣይዛረብን እዩ። ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ‘ባህርይ ሓደ እንከሎ፥ ብሥለስተ ኣካላት ብሥለስተ ገጻት ብሓቂ ንኣምን። ሓደ ኣምላኽ ኢልና ነምልኾም፥ ሓንቲ ስግደት ውን ንሰግደሎም ።’
፯ ወዓዲ ናወግዞ ለአርዮስ ሕሡመ ስም ወዕልው መስሓቲ ወንገድፍ ቃላቲሁ ኵሎ ርኵሰተ ወናወግዝ ዓዲ ሃይማኖተ መቅዶንዮስ ሙሰንት ዘይክሕድ መለኮተ መንፈስ ቅዱስ ወከማሁ ለኵሎሙ ዐላውያን እለ ያመጽኡ ሃይማኖተ ነኪረ ወሐዲስ እምዛቲ ሃይማኖት ርትዕት እለ ውዑኣን እምነ ጽድቅ ወርትዕ ።	7. ከምኡ ውን ነቲ በዓል ክፋእ ስም፥ መስሓቲ ኩሓዲ ኣርዮስ ነውግዞ ኢና፥ ንኾሎም ዝተነቐፉ ትምህርታቱ ውን ነርሕቐም ኢና። ከምኡ ድማ ንሃይማኖት ናይቲ ‘ኣምላኽነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ዝኽሕድ’ መቅደንዮስ ነውግዝ ኢና። ከምኡ ኾኣ ንኾሎም እቶም ካብቲ ቅኑዕ ሓቐኛ ሃይማኖት ዝወጹን ካብዚ ርቱዕ ሃይማኖት ዝተፈልየ ሓድሽ እምነት ዝምህሩን መናፍቓን ነውግዞም ኢና ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥፻፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
፰ ወዓዲ ነአምን ወንትአመን ከመ ወልደ እግዚአብሔር ቀዳማዊ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘተወልደ እምህላዌ አብ ብርሃን አምላካዊ ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ወቦቱ ይከውን ኵሉ ፍጻሜ ግብር ወሶበ ሥምረ በደኃሪ መዋዕል ያድኅን ትዝምደ እጓለ እመሕያው ዘበጽሐ ለሙስና ፍጹም ከመ ይሚጦ ለብእሲ ኀበ ዘቀዳሚ ርስቱ ዘኮነ ጎጥአ ተሰፋሁ ወወድቀ ውስተ ኀጕል አጽንነ ርእሶ እምሰማይ ሉዐላዊት እንዘ ኢየዐርቅ እመንበረ ስብሐቲሁ ወወረደ ኀቤነ በህድአት ወአርምሞ ከመ ጠል ውስተ ፀምር ወከመ ዝናም ውስተ ምድር ።	8. ዳግማይ ድማ እቲ ብቅድምና ዝነበረ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ዝኾነ፣ ካብ ባህርይ **አብ** ዝተወልደ፣ ኣምላኽነት ዘለዎ ንኾሉ ብርሃን ብቃልነቱ ዝተፈጥረ፣ ንሱ ዘይፈጠሮ ዘየልቦ፣ ናይ ኵሉ ሥራሕ ፍጻሜ ብእኡ ዝኾውን ወልደ እግዚኣብሔር፥ ኣብ ዳኅራይ ዘመን ነቲ ንፍጹም ጥፍኣት በጺሑ ዝነበረ ባህርየ ሰብ ንከድኖ፥ ከምኡ ውን ናብቲ ተሰፋ ስኢንሉ ኣብ ጥፍኣት በጺሕሉ ዝነበረ ቀዳማይ ርስቱ ንኽምልሶ ኣብ ዝፈተወሉ ጊዜ፥ ካብ ዝፋን ጐይትነቱ ከይተፈልየ ባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ፥ ከምቲ ጠለ ኣብ ፀምሪ ዝናም ውን ኣብ ምድሪ ዝወርድ ብዘይምርመር ምሥጢር ናባና ከምዝወረደ ንኣምንን ንተኣማመንን ኢና።
፱ ወኀደረ ውስተ ከርሠ ድንግል ንጽሕት በዅሉ ጊዜ ማርያም በብሥራተ ገብርኤል ሊቀ መላእክት ወይቤላ ሰላም ለኪ ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልዕተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስሌኪ ወእምዝ አትለወ ዘንተ ቃለ ወይቤ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእኪ ላዕሌኪ ወኃይለ ልዑል ይጼልለኪ ወዘኒ ይትወለድ እምኔኪ ቅዱስ ውእቱ ወይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ልዑል ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእምሥጋሃ ለቅድስት ድንግል ወኢኮነ ሰብአ በተፋልሶ ወኢትድምርት አላ በተዋሕዶ አካላዊ ህላዌያዊ።	9. ሊቀ መላእክቲ ቅዱስ ገብርኤል፥ 'ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ እሞ ክብሪ ይግበኣኪ እዩ' በላ። ብድኅርዚ ውን ነዚ ቃልዚ ኣኽቲሉ፥ 'መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ፡ ኃይለ ልዑል ወልድ ውን ሥጋኺ ክለብስ እዩ፡ እቲ ካባኺ ዝውለድ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ፡ ወዲ ልዑል እግዚኣብሔር ውን ክበሃል እዩ' ኢሉ ምስ ኣበሠራ፥ ኣብ ማኅፀን እታ ኵሉ ሳዕ ንጽሕቲ ዝኾነት ድንግል ኃደረ። ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ሰብ ኮነ። ብናይ ኣካልን ባህርይን ተዋሕዶ ደኣ እምበር ብምልዋጥን ብምትሕውዋስን ሰብ ዝኾነ ኣይኮነን ።
፲ ዝኩ ወልድ ቀዳማዊ ዘተወልደ እምአብ ልደተ ዘይትሌዐል እምኵሉ ሕሊና ወእምዐቅም ወአምሳል ወይትዐጾ እምኵሉ ልቡና ወወላዲቱሂ ኮነት ድንግልተ ዘበአማን እስመ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ወዘተወልደሂ እምኔሃ አምላክ ሥግው ውእቱ ወተሰብአ ተሰብአ ፍጹመ በከመ ስምዐ ኮነ ዮሐንስ ወንጌላዊ ወይቤ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ ወፈጸመ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ወአንሶሰወ ምስሌሆሙ ለአስተሣንዮ ሕይወቶሙ ወለፈጽሞ ሥርዓተ መድኃኒት ለኵሉ ዓለም ፩ዱ ውእቱ እም፪ቱ መለኮት ወትሰብእት ።	10. እዚ ወልድዚ፥ በቲ ካብ ብሕሊና ምምርማር ምውሳንን ብምሳሌ ምዝራብን ዝረሓቐ፡ ከምኡ ውን ካብ ኵሉ ልቡና ዝረቐቐ ልደት ዝተወልደ ቀዳማዊ እዩ። እታ ዝወለደቶ ውን ብሓቂ ብድንግልና ጽንዕቲ እያ። ከመይ ወላዲት ኣምላኽ እያ። እቲ ካብኣ ዝተወልደ ውን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ፍጹም ሰብ ኮነ። ከምቲ ወንጌላዊ ዮሓንስ ዝመስከሮ 'ቃል ሥጋ ኮነ፡ ኣባና ውን ኃደረ፡ ሥርዓት ሰብ ፈጸመ፡ ድኅነቶም ንምክንዋንን ነቲ ንኾሉ ሰብ ዝኾነ ግብረ ድኅነት ንምፍጻምን ምስኡም ተመላለሰ። ካብ ክልቲኣም ካብ መለኮትን ትሰብእትን ሓደ ዝኾነ እዩ ።
፲፩ ወበእንተ ዝንቱ ንብል ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወኢወሰከ ዲበ ቅድስት ሥላሴ ጕልቁ ራብዓየ ወኢህላዌ ዳግማየ ሐመ በሥጋ ለመድኃኒተ እጓለ እመሕያው ወአኮ በምትሐት ወውእቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ	11. ምእንቲ'ዚ ድማ 'እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል፥ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ጕይታ ሓደ ክርስቶስ እዩ' ንብል። ኣብ ርእሲ ቅድስት ሥላሴ ራብዓይ ኣካል፡ ካልኣይ ባህርይ ኣይወሰኸን። ሰብ ንምድኃን ብሥጋ ሓመመ፣ ብሓሶት ብምትሓት ኣይኮነን። ብባህርየ መለኮቱ ግና ዘይሓምም

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥ያ፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
በህላዌ መለኮቱ ወበሥርዓቱ ወበጥበቡ ልዕልት ረሰየ ሎቱ ሕማመ በፈቃዱ ባሕቲቱ ወሞተ በፈቃዱ ባሕቲቱ በዲበ ዕፀ መስቀል ወከሠተ ትንሣኤሁ መንክረ ወመድምመ ዘይደሉ ለመለኮቱ ወእምድኅረ ትንሣኤሁሰ ረሰየ ለሥጋሁ ዘእንበለ ሕማም ወሙስና ዘይደሉ ለመለኮቱ።	ዘይመውት እየ። ብረቂቅ ጥበቡ ሰብ ስለዝኾነ ብፍቃዱ ጥራይ ንሕማም ገንዘብ ገበረ። ብፍቃዱ ጥራይ ኣብ መስቀል ሞተ። ኑቲ ንኣምላኽነቱ ዝግባእ ግሩም ድንቂ ትንሣኤኡ ገለጸ። ድኅሪ ትንሣኤኡ ድማ ከምቲ ንኣምላኽነቱ ዝግባእ ነታ ሥጋኡ ሕማም ኮነ ምልዋጥ ዘይብላ ገበራ።
፲፪ ወበከመ ኮነ ቀዳሚ አምላከ ፍጹመ ኮነ ይእዜኒ ሰብአ ፍጹመ ወኢተወለጠ እምህላዌ መለኮቱ ለከዊነ ትስብእት ወትስብእትሂ ዓዲ ኢተወለጠ ለከዊነ መለኮት እስመ ውእቱ ይትሌዐል እምኵሉ ተውላጥ ወተመይጦት ወእምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢይረክቦ ፍልጠት ለግሙራ ወበእንተዝ ጸንዐ ተዋሕዶቱ አምላካዊ ለእግዚአብሔር ቃል በፅዱ ህላዌ ወበፅዱ አካል።	12. ከምቲ ቅድም ፍጹም ኣምላኽ ዝነበረ፡ ሎሚ ድማ ፍጹም ሰብ ኮነ። ግና ካብ ባህርየ መለኮቱ ናብ ሥጋ ምኳን ኣይተለወጠን፣ ሥጋ ውን ናብ መለኮት ምኳን ኣይተለወጠን። ምኽንያቱ ንሱ ካብ ኵሉ ናይ ባህርይ ምልዋጥን ምልቃቕን ዝረሓቐ እዩ። ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ፈጺሙ ምፍላይ የብሉን። ምእንቲዚ ድማ እቲ ሥራሕ ኣምላኽ ዝኾነ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ተዋሕዶ፣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኳን ብሓቂ ጸንዐ ።
፲፫ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ኢንብል በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ በከመ ሐለዩ አብዳን ሰብእ እስ አልቦሙ ልብ ወልቡና እንዘ ይሔልዩ ከመ ጠቢባን እሙንቱ ወለነሰ ከመዝ ውእቱ ሃይማኖትነ ኦ እግዚእ በአብናከ ወርኅሩኅ ልብ ወዕራየ ነፍስ በተአኅዎ መንፈሳዊ ወበሃይማኖት ርትዕት ወውእቱ አምላሊሆሙ ለሐዋርያት ዘሥረቀ ብርሃኑ በመልእክት ሐዋርያዊት ማእከለ ፪ቱ መናብርት ክቡራን ዘውእቶሙ መንበረ ጴጥሮስ ክቡር ወመንበረ ማርቆስ ሰባኪ በእንተ ሃይማኖት ጽድቅት ኦርቶዶክሳዊት ።	13. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ከምቲ እቶም ፈላጣት ኢና ዝብሉ ግና ልብ ኾነ ፍልጠት ዘይብሎም ሰባት ዝብልዎ፥ 'ድኅሪ ተዋሕዶ ንጉይታና ንኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣለዎ' ኣይንብልን ኢና። ናትና ሃይማኖትና ከምዚ እዩ። 'ኦ ብኣቦኅትካ ጐይታን ርኅሩኅ ልብን ዝኾንካ፡ በዛ ቅንዕቲ ሃይማኖትን ብመንፈሳዊ ዝምድናን ምሳና ሓንቲ ዝኾነት፣ ንሓዋርያት እትመስል፡ ቤቲ ካብ ሓዋርያት ዝተረኽበ ሚመትን ትምህርትኻን ክቡራን ዝኾኑ ኣብ መንጎ ክልተ መናብርት ፍሉጥ ዝኾነ፥ ንሶቶም ድማ ናይ ክቡር ጴጥሮስ መንበርን (ኣንጾኪያ)፡ ንኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ዝምህር ናይ ማርቆስ መንበርን (እስክንድርያ) እዮም ።
፲፬ ወመሠረተ ምሥጢር ወመራሒተ ሃይማኖት ርትዕት ወመርሶ መድኃኒት እንተ ትወስድ ውስተ ሕይወት ዘለዓለም ወሥነ ተዘምዶ ዘያስተጋብአነ ኀቡረ ወይትረከብ ውስቴትነ ወበእንተ ምሥጢር ዐቢይ ዘአምልኮ ፍጽምት ወሐመር ጽንዕት እንተ ታድኅን እሞገደ ማዕበላት ወታበጽሕ ኀበ መርሶ ፍሥሓ ወኃሤት ወተድላ ወዕንቁ ክብርት እንተ አልባቲ ሜጥ በእንተ ሥርዓተ ሃይማኖት ዘባቲ ረከብነ ኮልነ አእምሮቶ ለአምላክነ ከሀሊ ዘኢይትመዋዕ ወባቲ ሞዕነ ኮሎ ወባቲ ንትዌከለ ወባቲ ንትአኀዝ እስከ ፍጻሜ ሕይወት ።	14. መሠረተ ምሥጢር እያ፣ ናብ ቅንዕቲ ሃይማኖት እትመርሕ እያ፣ ናብቲ ዘለዓለማዊ ሕይወትን፡ ናብቲ ሓደ ዝገብረና ፍጹም ኣምልኾትና እንገልጸሉ ዓቢይ ምሥጢር ኣባና ዝርከብ ሥናይ ዝምድናን እትወስድ ናይ ድኅነት ወደብ እያ። ካብ ዝለዓል ብርቱዕ ማዕበል እተድኅንን ናብ ፍጹም ሓጉስ ዘለዎ ወደብ እተብጽሕን ጽንዕቲ መርከብ እያ። ኮልና ኑቲ ዘይምርመርን ንኾሉ ዝኽእልን ፈጣሪና ምፍላጥ ዝረኸብናላ፡ ንኾሉ ዝሰዓርናላን ተሰፋ እንገብረላን ክሳዕ ፍጻሜ ዘመንና ብእኣ ጸኒዕና እንነብረላን፡ ከምኡ ውን ሃይማኖትና ብእኣ ጸኒዓ ስለእትነብር ዋጋ ዘይርከበላ ክብርቲ ዕንቁ እያ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥ፐፐፔ	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
ፐፔ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ርትዕት ወእምነት ጽንዕት ዘአልባቲ ፍርሃት ወድንጋጼ በዝ ዓለም ኃላፊ ወበዘይመጽእ ዓለም ወባቲ ንሴፎ ሕይወተ በዓለም ደኃሪት እንተ ትኅበር ለዓለም በአስተርእዮቱ ደኃራት ለእግዚእነ ክርስቶስ መድኃኒነ በግርማ መፍርህ ዘሀለዎ ያስተርኢ በስብሐተ መለኮቱ አምላካዊ ምስለ መላእክቲሁ ቅዱሳን ኄራን ወልጹቃን ከመ ይኩንን ሕያዋነ ወሙታነ ።	15. እታ ኣብዚ ኃላፊ ዓለምዝን ቡቲ ዘይኃልፍ ዓለምን ፍርሃት ኮነ ራዕዲ ዘይብላ ቅንዕቲ ፍጽምት ሃይማኖት እዚኣ እያ። በታ ኀልፊት ዘይብላ ብዳኅራይ ዓለም ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጻድቃንን ኃጥኣንን ክፈርድ ነቶም ብቅዳሴ ሓደ ዝኾኑ ክቡራን ኄራን መላእኽቲ ኣኽቲሉ ብክብሪ ኣምላካዊ ጐይትነቱ ምእንቲ ኽግለጸ ብዘፍርህ ግርማ ኣብ ዳኅራዋይ ጊዜ ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ፥ ብናታ ምድኃን ተሰፋ ንገብር ።
ፐፒ ወዘንቱ ውእቱ ርስት ዘየዐቢ ወይፈደፍድ ውብዕል ዐቢይ ዘወረስናሁ እምአበው ቅዱሳን ወክቡራን ወተምህርናሁ እምኢጋእዝቲነ ሐዋርያት ሰባክያን አብራህያነ ዓለም እለ ተፈነዉ ኀቤነ ወአብርሀ ኮሎ ዓለመ በትምህርታቲሆሙ ብርህት ወጽድቅት።	16. እቲ ፍጹም ዘይኃልፍ ርስቲ፡ ካብ ንጹሓን ኣቦታት ዝወረስናዮ ፍጹም ክብሪ፡ ካብቶም ቡቲ ግሁድን ርዱእን ትምህርቶም ንኾሉ ሰብ ፈላጥ ዝገበሩ፡ ናባና ዝተላእኩ ወንጌል ዝምህሩ ካብ ጐይቶትና ሓዋርያት ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ እዚ እዩ ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
ፐፒ እመልእክተ አዋረስካ በፐቱ ወፎቱ ክፍል ዘተፈነወ እምአብ አባ አክርስቶዶሎስ ውስተ ኮሎን መናብርት እለ ሀለዋ በእስክንድርያ ለለኮሉ ዓመት በእንተ ትሥጉቱ ለፎዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ እግዚአብሔር ቃል ዘውእቱ እምህላዌ አብ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ መዋዕል ወአዝማን ዘአብርሃ እምኔሁ እምቅድመ መዋዕለ ዓለም ወአዝማን ገባሬ ኮሉ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ወሶበ አጽነነ ሰማያተ ወወረደ ኢዐረቁ እምኔሁ ሰማያት ወምድር ወኢተፈልጠ እምሕፅነ አቡሁ ወይመልእ ኮሎ ።	17. ካብ ኣቦ ኣባ ኣክስቶደሎስ፡ 'ብዛዕባ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ሰብ ምኻኑ' ቡብዓመቱ ኣብ ኣውራጃ እስክንድርያ ናብ ዘለዋ ኮለን ዓድታት ይልኣኽ ካብ ዝነበረ 'ኣጥረስካ' ካብ ዝበሃል መጽሓፍ ኣብ መበል ክፍሊ 16 መልእኽቲ ፦ እቲ ካብ ባህርይ አብ ዝተረኽበ፡ ቅድሚ ዕለት ዘመን ምርካቡ ምስኡ ዝነበረ፡ ቅድሚ መዋዕልን ዘመንን ዓለም ምርካቡ ካብኡ ዝተወልደ፡ ኮሉ ዝረአን ዘይረአን ውን ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ቃል እዩ። ነቲ ልዑል ባህሪኡ ትሕት ኣቢሉ ሰብ ምስ ኮነ ውን ሰማይን ምድርን ካብኡ ኣይተፈልዩን፣ ካብ ሓድነት ኣቦኡ ውን ኣይተፈልዩን፣ ኣብ ኮሉ ምሉእ እዩ ።
ፐፓ ወወእቱ ህልው በምልክናሁ ውስተ ገጸ ኮሉ መካን እንዘ ለሊሁ ህልው በሰማያት ወኢያገምሮ መካን ወባሕቱ ለሊሁ ተገምረ ውስተ ማሕፀና ለእግዘእትነ ድንግል ንጽሕት ዘእንበለ ርኵስ ወላዲተ አምላክ ማርያም ወተሠገወ እምኔሃ ወእመንፈስ ቅዱስ ነሥአ እምኔሃ ሥጋ ዘይትዔረየነ ወዘይትቄከፍ ሕማመ ከማነ ወፈጸመ ኮሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወተዋሐደ ቦቱ እንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት።	18. ንሱ ኣብ ልዕልና ሰማያት እንከሎ፡ ብኣምላኽነቱ ኣብ ኣርባዕተ መዓዝን ዘሎ እዩ። ቦታ ውን ኣይውሰኖን እዩ። ግናኸ ኣብ ማኅፀን እታ ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ኣምላኽ ዝወለደት ምልዋጥ ዘይብላ እመቤትና ድንግል ማርያም ተወሰነ።ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ውን ካብኣ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ንኣና ዝመስልን ከማና መከራ ዝቐበልን ሥጋ ካብኣ ወሰደ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ኮሉ ናትና ሥራሕ ሠርሐ። ብዘይምልዋጥን ብዘይምፍላይን ነባቢት ለባዊት ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ተዋሓደ ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም ፻፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፡112
፲፱ ወከመዝ ተሠገወ እግዚአብሔር ቃል ወኮነ ሰብአ በከመ ተከሥተ ወአስተርአየ ለነ ወይእቲኒ ወላዲተ አምላክ ይእቲ ዘበአማን ወእምድኅረ ወሊዶታሂ ድንግል ይእቲ ወኢተወለጠ ማኅተመ ድንግልናሃ ወአልባቲ ርስሓት ለግሙራ ወበእንተ ዝንቱ ዘተወልደ እምኔሃ ውእቱ ለሊሁ እግዚአብሔር ወአኮ ዕሩቅ ብእሲ ወእለሰ ይብሉ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም ብእሲ ዕሩቅ ውእቱ ይትቃረኑ መድኃኒተነ በብሂሎቶሙ ዘንተ ንባበ ሙሱነ ወይክሕዱ ሥርዓተ ትስብእቱ ለእግዚአብሔር ቃል።	19. ከምቲ ንኣና ፈጺሙ ዝተገልጸልና፣ እግዚአብሔር ቃል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብከምዚ ሰብ ኮነ። ንሳ ውን ብሓቂ ወላዲተ አምላኽ እያ፣ ድኅሪ ምውላዳ ውን ድንግል እያ፣ ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን፣ ፈጺማ ርስሓት የብላን፣ ምእንቲዚ ድማ እቲ ካብኣ ዝተወልደ ንሱ እግዚአብሔር እዩ እምበር ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። እቶም 'ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ዝተወልደ ዕሩቕ ብእሲ እዩ' ዝብሉ ግና ነዚ ከንቱ ዘረባ ብምዝራቦም ኑቲ ድኅነትና ይቃወሙ። ኑቲ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ኮይኑ ዝሠርሖ ሥራሕ ውን ይኽሕዱ።
፳ ንሕነሰ ኦርቶዶክሳውያን ንትአመን ወንብል ከመዝ ለሊሁ ቃለ አብ ሰማያዊ ውእቱ ዘዕሩይ ምስለ አቡሁ ሐነፀ ሎቱ ለርእሱ ሥጋሁ ቅዱስ እምሥጋሃ ወደማ ለድንግል ዘእንበለ ደነስ እምእግዝእትነ ማርያም ወረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ በ፩ዱ ህላዌ እንበለ ተፈልጦ በፈቃዱ አኮ አብ ዘሐነፀ ሎቱ ከመ ኢንረስዮ ነኪረ እመለኮት አላ ለሊሁ ውእቱ ሐነፀ ለርእሱ ኢያውረደ እምሰማያት ሥጋ ምስሌሁ አላ እምእግዝእትነ ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወይደልወነ ንትአመን ከመዝ በወልደ እግዚአብሔር ክቡር ወልዑል ወእለሰ ኢየአምኑ ከመዝ ውጉዛን ወምቱራን እሙንቱ እምአፉነ ወእምአፈ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ።	20. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና፣ "እቲ ምስ ኣቦኡ ሓደ ዝኾነ ንሱ ባዕሉ ቃል **አብ** ፡ ዘርኢ ምኽንያት ከይኮኖ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ነፍሳ ነፍሲ ካብ ሥጋኣ ሥጋ ወሲዱ ኑቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝኾነ ሥጋኡ ንክኽሕስ ፈጢሩ ተዋሓደ። ብዘይ ምፍላይ ውን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኹን ብፍቓዱ ምስኡ ሓደ ገበሮ' ብምባል ከምዚ ኢልና ንኣምን። ካብ ፈጣሪነት ከይነውፅኡ፡ ንሱ ባዕሉ ንኽዋሓዶ ፈጠሮ እምበር **አብ** ዝፈጠረሉ ኣይኮነን። ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ካብ እመቤትና ድንግል ወሲዱ ተዋሓደ እምበር ካብ ሰማይ ሥጋ ኂዙ ኣይመጸን። በቲ ልዑል ክቡር ዝኾነ ወዲ እግዚአብሔር ከምዚ ኢልና ክንኣምን ይግባእ። እቶም ከምዚ ኢሎም ዘይኣምኑ ግና ብቓልና ብቓል እታ ሓዋርያት ዝኣኸብዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ውጉዛትን ፍሉያትን ይኹኑ ።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፳፩ እምአጥረስካ ፲ቱ ወ፪ቱ ዘአቡነ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዓዲ ይእዜ ንትናገር ወንብል በእንተ ትሥጉቱ ለእግዚአብሔር ቃል ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘቦቱ ኮነ ኵሉ ግብር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ ዘዕሩይ ውእቱ ምስለ አብ ኃደረ ውስተ ከርሠ ድንግል እግዝእትነ ማርያም ወወፅአ እምኔሃ ብእሴ ፍጹመ ዘእንበለ ትድምርት ወኢፍልጠት ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ።	21. ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ክርስቶዶሎስ ካብ ዝጸሓፎ መጽሓፈ ተዋሕዶ ክፍሊ 17 ፥ 'ሕጂ ውን ብዛዕባ ናይ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ከምዚ ኢልና ንምህር። እቲ ዝረአን ዘይረአን ኵሉ ፍጥረት ብእኡ ዝተፈጥረ ንሱ ዘይፈጠሮ ዘየልቦ፡ ምስ **አብ** ሓደ ዝኾነ፡ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ማርያም ኃደረ። ምፍላይን ምትሕውሳን ዘይብሉ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ካብኣ ተወልደ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ብኾኑ ሥራሕ ንኣና መሰለ ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥፻፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
፳፪ ወኢያውዐየ ማሕፀነ እሙ ዘወለደቶ ወለሥጋሂ ዘነሥአ ረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ በ፩ዱ አካል ወለዘንቱ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ኢያጥፍአ እሳተ መለኮቱ ወእምድኅረ ወለደቶ ዓዲ ኢማሰነ ማኅተመ ድንግልናሃ ለወላዲቱ ድንግል አላ ህልው ውእቱ በከዊናቱ አምላከ በከመ ነበረ ቀዲሙ ሶበ ኮነ ሰብአ ዘኢኮነ ውስቴቱ ቅድመ ።	22. ንማኅፀን ናይታ ዝወለደቶ ኣዲኡ ኣይለወጠን። ኑቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ብሓደ ኣካል ምስኡ ሓደ ገበሮ። እዚ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ውን ንባህርየ መለኮቱ ኣይለወጠን። ድኅሪ ምውላዳ ውን ናይ ኣዲኡ ድንግል ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን። እኳ ደኣ ኣምላኽ ብምኻኑ፡ ቅድም ሰብ ዘይነበረ ሰብ ምስ ኮነ ከምቲ ቅድም ዝነበሮ ጸኒዑ ነበረ ።
፳፫ በከመ ይቤ ኤራቅሊስ ሊቀ ጳጳሳት ዘቍስጥንጥንያ እንዘ ይሜህረነ በእንተ ትሥጉቱ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ እንዘ ይብል ኦ ማሕፀን ቅዱስ ዘተጽሕፈ ውስቴቱ መጽሐፈ ግዕዛን እንተ ዘኮሉ እንለ እመሕያው ኦ ማሕፀን ቡሩክ ዘኀደረ ውስቴቱ ነዋየ ሐቅል ዘይትቃወሞ ለሞት ዘተሠልጠ ላዕሌነ ኦ ገራህት ኀሪት ዘአፍረየት ለነ ዘርኢ እምነ ዘራኢ በህላዌሁ ዘእንበለ ዘርእ ከመ ሰዊት ኦ መቅደስ ዘኮነ ሎቱ እግዚአብሔር ካህነ ዐቢየ እንዘ ኢይትዌለጥ ህላዌሁ አላ ባሕቱ በእንተ ምሕረቱ ወተሣህሎቱ ለብሰ ሥጋ ለተክህኖ በከመ ሚመቱ ለመልከ ጼዴቅ። ዘፍ ፲፬፡፲፰ ። መዝ ፻፲ (፻፱)፡፬ ። ዕብ ፭፡፲።	23. ከምቲ ናይ ቀ<u>ስ</u>ጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ኤራቅሊስ ብዛዕባ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ምኻኑ ክምህረና ከሎ፥ 'እቲ ናይ ኵሉ ሰብ ናጽነት ዝተጻሕፈሉ ቀዱስ ማኅፀን ከመይ ዝበለ እዩ፧ ንኣባና ሠልጠኑ ዝነበረ ሞት ዝቃወም ክርስቶስ ዝኃደሮ ቡሩኽ ማኅፀን ከመይ ዝበለ እዩ፧ እታ ከም ዕፀ ሠሉስ ብዘይ ዘርኢ ብመንፈስ ቅዱስ ኑቲ ብባህሪኡ ንኵሉ ዘርክብ ጉይታ ዘርከበትልና ምርጽቲ ግራት (ማርያም) ከመይ ዝበለት እያ፧ እታ እግዚኣብሔር ብለውሃቱን ይቕሬታኡን ከም ሚመተ መልከጼዴቅ ንምግልጋል ሥጋ ለቢሱ ባህሪኡ ከይተለወጠ ዓቢይ ካህን ዝኾነሉ መቅደስ ከመይ ዝበለ እዩ፧' ዝበሎ እዩ። ዘፍ. 14፡18። መዝ.110 (109)፡4 ። ዕብ. 5፡10 ።
፳፬ ወአትናቴዎስሂ ይከውን ሰምዐ በዘንቱ በከመ ነበበ ባቲ ከመዝ እንዘ ይብል ሥጋ ወዘአልቦቱ ሥጋ ኮኑ ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ አካለ ወ፩ደ ገጸ ፍጹመ ወ፩ደ ግብረ ወይእዜኒ ለሊሁ ፩ዱ እግዚአብሔር ወውእቱ ክመ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ኢይትመየጥ እንከ ወኢይትዌለጥ አላ ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወአሐቲ ስግደት ወአሐዱ ሥምረት ወ፩ዱ ፈቃድ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ።	24. በዚ ነገርዚ ውን ኣትናቴዎስ ይምስክር እዩ፥ 'እቲ ሥጋን እቲ ሥጋ ዘይብሉ መለኮትን ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ፍጹም ገጽ ሓደ ግብሪ ኮኑ' ብምባል ከምዚ ኢሉ ንተዋሕዶ ገለጸ። ሕጂ ውን ንሱ ሓደ እግዚኣብሔር እዩ። ሓንሳእ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ፣ ንድኅሪ ሕጂ ኣይልወጥን እዩ፡ ኣይናወፅን እዩ። እዚ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ፡ ሓንቲ ስግደት ዝቐርበሉ ሓንቲ ሥምረት ሓደ ፍቓድ ዘለዎ ኮይኑ ደኣ ይነብር እምበር። ንሥጋኡ ከይፈለና ሓደ ጌርና ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ ።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፳፭ እምአጥረሰካ ፳ እንተ ዘአቡነ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ለሊሁ ውእቱ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘንሰግድ ሎቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወአዘማን ወበደኃሪ መዋዕል ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ከማነ በእንቲአነ እመንፈስ ቅዱስ ወእምቅድስት	25. ካብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ክርስቶዶሎስ ዝጸሓፎ መጽሓፈ ተዋሕዶ ክፍሊ. 20፡– 'ኑቲ ቅድሚ ኵሉ ዘመንን ዕለትን ካብ **አብ** ዝተወልደ እንሰግደሉ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ንሱ እዩ። ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ውን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብታ ብኾኑሉ ጊዜ ንጽሕቲ ድንግል ዝኾነት ወላዲት ኣምላኽ እመቤትና ድንግል ማርያም

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥፻፲፪	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112
ወላዲተ አምላክ ድንግል በዙሉ ጊዜ ማርያም እግዝእትነ ለሊሁ ፩ዱ ውእቱ ክመ እምቅድመ ትሥጉቱ ወእምድኅረ ተሠገወሂ ኢያውረደ ምስሌሁ ሥጋ እምሰማይ ወኢነሥአ እምካልእ ወኢተወለጠ ኅበ ሥጋ ገዚፍ አላ ነሥአ እምኔነ ሥጋ አኮ በምትሐት አላ ተሠገወ እምኔነ ዘእንበለ ውላጤ ወኮነ ሰብአ እሙነ።	ነፍሰን ሥጋን ወሲዱ ንኡና ንምድኃን ከማና ሰብ ኮነ። ቅድሚ ሰብ ምኳኑን ድኅሪ ሰብ ምኳኑን ንሱ ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ። ካብ ሰማይ ሥጋ ኀዙ ኣይመጸን፣ ካብ ካልእ ኸኣ ኣይወሰደን፣ ናብ ግዙፍ ሥጋ ምኳን ውን ኣይተለወጠን፣ እኳ ደኣ ካብ ባህሪና ሥጋ ወሰደ። ካብ ባህሪና ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ብዘይ ምልዋጥ ብሓቂ ሰብ ኮነ እምበር መሲሉ ብምርኣይ ብምትሓት ኣይኮነን።
፳፮ ወእምድኅረዝ ለሊሁ ዓዲ አምላክ ውእቱ ቃል ዘኢሥግው ነሥአ ሎቱ ሥጋ ዘይትዔረየነ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወዝንቱ ፩ዱ ምስሌሁ በአካሉ እማሕፀና ለእሙ ፩ዱ ክመ ለሊሁ እም፪ቱ ህላዌያት ውእቱ እሉ እሙንቱ መለኮት ወትስብእት ፍጹማን ኮኑ ፩ደ እስመ አማኑኤል አምላክነ ፩ዱ እግዚእ ወ፩ዱ መሢሕ ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ።	26. ድኅሪ ሰብ ምኳኑ ውን እንተኾነ ንሱ ኣምላኽ እዩ። እቲ ሥጋ ዘይነበሮ ቃል፡ ካብ ወላዲት ኣምላኽ ቅድስት ድንግል እመቤትና ማርያም እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎን ንኡና ዝመሰልን ሥጋ ወሰደ። ንሱ ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ ብዝተፈልየ ኣካሉ ምስ ሥጋ ሓደ ኾነ። ንሱ ሓደ ጥራይ እዩ። ካብ ክልተ ባህርያት ማለት ካብ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ዝኾነ እዩ። እዞም ፍጹማን መለኮትን ትስብእትን ሓደ ኾኑ። ፈጣሪና ኣማኑኤል ንባህሪና ባህርይ፡ ንኣካልና ውን ኣካል ስለዝገበረ፡ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ሓደ ጕይታ ሓደ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እዩ ።'
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፳፯ እምአጥረስካ ፳ወ፩ዱ ዘአቡነ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን ዓዲ ወንትአመን ከመ ፩ዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ዘዕሩይ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ዘይደሉ ንስግድ ሎቱ ወውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዋሕድ ወረደ በፈቃዱ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል ወኢተወለጠ ለከዊነ ሥጋ ወለሊሁ ርሑቅ እምኮሉ ተውላጥ ወተመይጦ እስመ ውእቱ አምላክ ኮነ ሥጋ በተዋሕዶ ወዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወዕሩይ ምስሌነ ወተዋሐደ በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወኢንፈልጦ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ።	27. ካብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ኣክርስቶዶሎስ ዝጸሓፎ መጽሓፈ ተዋሕዶ ክፍሊ 20፡ 'እቲ ክንሰግደሉ ዝግባእ፡ ምስ ኣብኡ መንፈስ ቅዱስን ውን ሓደ ዝኾነ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ንሱ ሓደ እግዚኣብሔር ቃል፡ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ብፍቓዱ ሰብ ከምዝኾነ ንኣምንን ንተኣማመንን።' ናብ ሥጋ ምኳን ኣይተለወጠን፣ ንሱ ካብ ኮሉ ናይ ባህርይ ምልዋጥን ምልቃቕን ዝረሓቐ እዩ ። ምኽንያቱ ንሱ ኣምላኽ ብተዋሕዶ ሥጋ ኮይኑ እዩ፡ ከምኡ ውን እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ኮይኑ እዩ፡ ምሳና ኸኣ ሓደ ኮይኑ እዩ። ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ብምኳን ተዋሓደ። ድኅሪ እቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ድማ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ኣይንኸፍሎን ኢና።
፳፰ ወቦቱ ካዕበ ይከውን ስምዐ በዘነበበ ባቲ አትናቴዎስ እንዘ ይብል ከመዝ ፍጹም አሚን እንተ በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአልቦ በውስተ ቅድስት ሥላሴ ምትሐት ዳእሙ በሥምረተ አብ ወመንፈስ ቅዱስ	28. ከምኡ ውን ኣትናቴዎስ ኣብቲ ብዛዕባ ተዋሕዶ ዝተዛረበሉ መጽሓፉ ከምዚ እናበለ ይምስክር እዩ ፡- እቲ **ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ዝእመን እምነት ፍጹም እዩ። ኣብ ቅድስት ሥላሴ መሲልካ ምርኣይ ምትሓት የለን። እኳ ደኣ ቃል ብፍቓዱን

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥፻፲፪

ወልድ ቃል ነሥአ ዘለነ በፈቃዱ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል ወውእቱ ወልድ ዋሕድ ዓዲ ምስለ ዘነሥአ በፅዱ ሥርዓት ።

ክፍል ፮

፳፱ እምአጥረስካ ፳ወ፫ቱ ዘአቡነ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ነአምን ዓዲ ወንትአመን በፅዱ ዘእምቅድስት ሥላሴ ወልድ ፍቁር ቃለ አብ በከመ ተምህርነ እምእለ ቀደሙነ እለ ርእዩ ወጠየቁ ገሃደ ወኮኑ ላእካነ ለቃል ከመ ቃል ውእቱ ተሠገወ ወኃደረ ላዕሌነ ወረሰዮ ለሥጋ ምስሌሁ ፭ደ በፅዱ አካል ወፅዱ ህላዌ እንበለ ቱሳሔ ወዘእንበለ ትድምርት ወፍልጠት ።

፴ ወዝንቱ ቃል ተሠርዐ እመንፈስ ቅዱስ ወእምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል በ�included ጊዜ ማርያም ዘነሥአ እምኔሃ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ዝንቱ ዘይትዔረየነ በህላዌ ወበሕማም ሥጋ ዘያስተርኢ ወዘይትገሠሥ ወዘኢያስተርኢ አስተርአየ ይእዜ በሥጋ ወልድ ቃል ቀዳማዊ ዘውእቱ እም፪ቱ ህላዌያት ፍጹማን ዘይደሉ ለመለኮት ወትሰብእት ወኮኑ ፭ደ እንበለ ተፈልጦ ወኢተከፍሎ በፅዱ ህላዌ ኀቡረ ወእምድኅረ ኃደረሰ ውስተ ማሕፀነ ድንግል ወተዋሐደ ኢነአምሮ በ፪ቱ ህላዌያት ወኢንከፍሎ ኀበ ፪ቱ ምግባር።

፴፩ እመቦ ዘይቤ ፪ቱ ህላዌያት አው ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከበ ወዘኢይትነገር ንሕነ ንኄልቆ ምስለ ዐላውያን ንሕነሰ ንብል ይእዜ ፭ዱ ውእቱ ዘተሠገወ እምድንግል ማርያም ወልድ ቃል ዘዕሩይ ምስለ አብ በፅዱ ህላዌ ኮነ ሥጋ በፅዱ ፈቃድ ወበፅዱ ምግባር ወለሊሁ ብርሃን ዘኢይትዌለጥ ህላዌሁ እምባሕርየ አቡሁ ወይሴብሕዎ ደርገ ሐራ ሰማያውያን ልዑላን በአርያም ወለሊሁ ህልው ውእቱ ታሕተ ዓዲ ውስተ ከርሠ ድንግል እሙ ወተሠገወ እምሥጋሃ ወእምደማ ድንግልናዊ ወተጠብለለ በአጽርቅት ወተወድየ ውስተ ኀል ዘኢያስተርኢ አስተርአየ ይእዜ ቀዳማዊ

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112

ብፍቃድ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብግብረ መንፈስ ቅዱስ ካብ ድንግል ማርያም ናትና ባህርይ ወሰደ ። ምስቲ ብሓደ ተዋሕዶ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ሓደ ወልድ እዩ ።'

ክፍሊ 6

29. ካብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ኣክርስቶደሎስ ዝጸሓፎ መጽሓፈ ተዋሕዶ ክፍሊ 23፥ 'ዳግማይ ውን ቡቲ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ናይ አብ ኣካላዊ ቃል ዝኾነ፡ ቡቲ ዝፈትዎ ወዱ ንኣምንን ንተኣማመንን ። ንሱ ቃል ሥጋ ከምዝኾነ ኣባና ውን ከምዝኾደረ፡ ካብቶም ኣገልገልቲ ቃል ርእዮም ብፍጹም ዝተረድኡ ቅድሜና ዝነበሩ ሓዋርያት ከምዝተመሃርናዮ እዩ። ብዘይ ምፍላይን ምትሕውዋስን ምድብላኾን ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኾን ንሥጋ ምስኡ ሓደ ገበሮ ።

30. እዚ ቃልዚ ውን፥ ካብታ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እትፈልዋን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ዝወሰደላ ብኾኑ ጊዜ ንጽሕት ድንግል እመቤትና ማርያም ሰብ ኮነ። እዚ ውን ቡቲ ብባህርይ ዝርአን ዝድኅሥሥን ብሕማም ሥጋን ዝመስለና እዩ። እቲ ዘይርአ ዝነበረ ሎሚ ብሥጋ ተገልጸ፣ ንሱ ድማ ከምቲ ንመለኮትን ትሰብእትን ዝግባእ ፍጹማን ካብ ዝኾኑ ክልተ ባህርያት ሓደ ዝኾነ ቀዳማዊ ቃል ወልድ እዩ። ብዘይምኽፋልን ብዘይምፍላይን ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ብምኾን ሓደ ኾኑ። ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃዲሩ ድኅሪ ምውሕሓዱ ግና 'ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኮነ' ኣይንብል ኢና። ናብ ክልተ ሥራሕ ውን ኣይንኸፍሎን ኢና።

31. ድኅሪ እቲ ዘይንገርን ዘይምርመርን ተዋሕዶ፥ 'ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል' ዝብል እንተሎ፡ ንሕና ምስ መናፍቓን ኢና ንቑጽሮ። ንሕና ግና 'እቲ ኣብ ማእከላይ ዘመን ካብ ድንግል ማርያም ሰብ ዝኾነ ሓደ እዩ፡ ምስ አብ ሓደ ዝኾነ ወልድ ቃል ንሱ ሓደ ባህርይ ሓደ ፍቓድ ሓደ ሥራሕ ብምኾን ሰብ ኮነ' ንብል ። እቲ ባህሪኡ ካብ ባህርይ ኣቦኡ ዘይፍለ ብርሃን ንሱ እዩ። ሰማያውያን ልዑላን መላእኽቲ ውን ወትሩ ኣብ ሰማይ የመስግንዎ። ሰብ ኮይኑ ኣብ ምድሪ ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ ዘሎ ውን ንሱ እዩ። ድንግልና ካብ ዘለዎ ሥጋኣን ነፍሳን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ብጨርቂ ተጠቕለለ፡ ኣብ ደምበ ተደርበየ፡ እቲ ዘይርአ ሎሚ ተራእየ፣ እቲ ዘይምርመር ቀዳማዊ ንሱ እዩ ። ብፍጡር ናይ ምድራውያን ኢድ ተዳኀሠሠ ።

ዘአክርስቶዶሎስ ም፥ ፻፲፪ ፡ ፻፲፫	ዘአክርስቶዶሎስ ም፥112 ፡ 113
ዘኢይትረከብ ተገሠ ዓዲ በእደ መፈታውያን ዘተልሕኩ ወፈጣሪ ኮነ ፍጡረ እንተ ይእቲ እምህላዌነ ድንግል ዘበአማን ማርያም።	ካብታ ካብ ባህርይና ዝተረኽበት ብሓቂ ድንግል ዝኾነት ድንግል ማርያም፥ ፈጣሪ ሰብ ኮነ ።
፴፪ ወለሊሁ ውእቱ ዘአጽንዓ ለምድር በክሂሎቱ ወአንሶሰወ በእገሪሁ ዲበ ምድር ርኁበ ወጸምአ እንዘ ለሊሁ መሲሰየ ኮሉ ሐመ ወሞተ በሥጋ እንዘ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮቱ ወያመጽእ ስምዐ በዘነበበ ባቲ ሳዊሮስ በድርሳኑ እንዘ ይመይጥ ባቲ አውሥአተ ኀበ ገንናዳቢሳውያን እንዘ ይብል ከመዝ እስመ ፍጡር ኮነ ፭ደ ምስለ ፈጣሪሁ ወሥጋሂ ዘየሐምም ተዋሐደ ምስለ መለኮት ዘኢየሐምም ወዘይትዌከፍ ሞተ ተዋሐደ ምስለ ሕያው እስከ ለዓለም ወዘይመውት በ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካል ተዋሐደ ምስለ ዘኢይማስን ወዘኢይመውት ወዘይማስን በህላዌሁ ተአስረ ምስለ ዘይሄሉ እስከ ለዓለም ወዘይትገመር ኮነ አሐደ ምስለ ዘኢያገምሮ መካን ወዘይትገሠሥሂ ወዘይትአኀዝሂ ተዋሐደ ምስለ እግዚአብሔር ቃል ዘኢይትገሠሥ ወዘኢይትአኀዝ ዝንቱ ውእቱ በ፭ዱ ህላዌ ወበ፭ዱ አካል ዘይነብር በህላዌሁ እስከ ለዓለም።	32. ብከሃልኩ ንምድሪ ዘጽንዐን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ብእግሩ ዝተመላለሰ ንሱ እዩ ። ንኾሉ ሥጋዊ ፍጥረት ዝምግብ ንሱ እንከሎ ጠመየ ጸምኡ፡ ብመለኮቱ ዘይሓምም ዘይመውት እንከሎ ብሥጋ ሓመመ ሞተ። ካብቲ ሳዊሮስ ንገንናዳቢሳውያን ክምልስ ከሎ ዝጸሓፎ ድርሳኑ ከምዚ እናበለ ምስክር የምጽእ፥ ፍጡር ምስ ፈጣሪኡ ሓደ ኾነ፡ እቲ ዝሓምም ሥጋ ውን ምስ ዘይሓምም መለኮት ተዋሓደ፣ እቲ መዋቲ ሥጋ ምስቲ ንዘለዓለም ሕያው ዝኾነ መለኮት ተዋሓደ፣ እቲ መዋቲ ሥጋ ምስቲ ዘይመውትን ዘይልወጥን መለኮት ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ብምኻን ተዋሓደ፣ እቲ ብባህሪኡ ዝልወጥ ሥጋ ምስቲ ንዘለዓለም ብዘይምልዋጥ ጸኒው ዝነብር መለኮት ሓደ ኮነ። እቲ ውሱን ሥጋ ምስ ቦታ ዘይውሰኖ ቃል ሓደ ኾነ።እቲ ዝድኅሠሥን ዝተኃዝን ሥጋ ምስ ዘይድኅሠሥን ዘይተኃዝን እግዚኣብሔር ቃል ተዋሓደ፣ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ብምኻን ንዘለዓለም ጸኒው ዝነብር ዘይልወጥ ንሱ እዩ ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፻፲፫ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 113 ክፍሊ 1**
፩ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአቡነ አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ኀበ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ በሃይማኖት እንተ ነአምን በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፭ዱ መለኮት ቅዱሳን ወዕሩያን በዙሉ ግብር ይሴብሑ አሐተ ስብሐተ ወይሰገዱ አሐተ ስግደተ።	1. ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣቦና ኣባ ዮሐንስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ኣክርስቶደሉ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ ፦ 'በታ ብኣካላትን ብገጻትን ሠለስቲ፡ ብመለኮት ከኣ ሓደ ናይ ዝኾኑ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ገንዘብ ዝኾነት ሃይማኖት ንኣምን። ብኣካላት ፍሉያት እዮም፡ ብሥራሕ ግና ሓደ እዮም፣ ሓንቲ ምስጋና ይምስገኑ፡ ሓንቲ ስግደት ከኣ ይሰግደሎም።
፪ ግሩማን ወልዑላን በስብሐት ዕሩያን ኢፍጡራን ወኢግቡራን ዐላውያነ ጥንት ወቅድምና ዕሩያነ መዐርግ ወክብር ፈጣርያን ወገባርያነ ኵሉ ፍጥረት ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ ዘይትገሠሥ ወዘኢይትገሠሥ ሊሉያነ አካል ወኅቡራነ ህላዌ ወመለኮት ወኀይል ወሥልጣን እለ	2. ዘይድፈሩ ዘይምርመሩ እዮም። ብጕይትነት ሓደ እዮም። ዘይተፈጥሩ እዮም። ብጥንቲ ብቅድምና ዝነበሩ እዮም። ብመዓርግ ብኽብሪ ሓደ እዮም። ኵቲ ኾሉ ዝርአን ዘይረአን፡ ዝድኅሠሥን ዘይድኅሠሥን ዝፈጠሩን ዝገበሩን እዮም። ብኣካል ፍሉያት እዮም ። ብባህርይ ብመለኮት ብኃይሊ ብሥልጣን ሓደ እዮም ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 113
ውፀአን እምኑልቑ ወተከፍሎ በከመ ይቤ ቅዱስ ባስልዮስ ለእኁሁ በሥጋ አ እኁየ ኢታንክር ሶበ ንቤ ተዋሕዶ በተሌልዮ ወተሌልዮ በተዋሕዶ።	ካብ ምኽፋል፡ ካብ ምቑጻር ወጻኢ እዮም፡ ማለት ሓደን ሠለስተን ይብሃሉ እምበር ሓደ ክልተ ኣይበሃሉን እዮም። ከምቲ ቅዱስ ባስልዮስ ነቲ ብሥጋ ኃዉ ዝኾነ፡ 'ኦ ኃወየ! ሓድነት ኣብ ምፍላይ፡ ምፍላይ ድማ ኣብ ሓድነት ኣሎ እንተበልና ኣይትገረም' ዝበሎ እዩ ።
፫ ወዝንቱ ግብር ይትሌዐል እምልቡና ወይትዐዶ እምሕሊና እስመ ተዋሕዶ በተሌልዮ ወተሌልዮ በተዋሕዶ ኅቡራነ ህላዌ ወሰንዕዋነ ቃል ወምግባር እንዘ ፭ዱ መለኮት ወአሐቲ ሥልጣን ወ፭ዱ ህላዌ ወአሐቲ ምክር ወ፭ዱ ዕበይ ወ፭ዱ ክሂል ወ፭ዱ ስባሔ ነአምን በቅድስት ሥላሴ ዘውእቶሙ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	3. እዚ ነገርዚ ካብ ብልቢ ምምርማር ዝረሓቐ፡ ካብ ብሕሊና ምሕሳብ ውን ዝረቐቐ እዩ። ሓድነት ኣብ ምፍላይ፡ ምፍላይ ድማ ኣብ ሓድነት ስለዘሎ ብባህርይ ሓደ እዮም። ብቓልን ብሥራሕን ውን ሓደ እዮም። ሓደ መለኮት ሓደ ሥልጣን ሓደ ባህርይ ሓደ ምኽሪ ሓደ ጕይትነት ሓደ ከሃሊነት ሓደ ምስጋና እንከሎ 'ፍሉያት ሠለስተ ኣካላት' ኢልና ንአምን፡ እዚኣቶም ኸኣ **አብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** እዮም።
፬ ወኢንትመሰሎ ለሰባልዮስ ረሲዕ ወኢንትወከፍ ቃሎ ርኵሰተ ዘይቤ በእንተ ቅድስት ሥላሴ በእንተ ተዋሕዶ ወተከፍሎ ወንትዐቀብ ዓዲ እምአብዝኖ አማልክት ወፈድፋደስ እምንባቡ ለሰባልዮስ አይሁዳዊ ጽልሙተ ልብ ወሕሊና ዘያስተጋብእ ቅድስተ ሥላሴ በ፭ዱ አካል ወ፫ቱ አስማት ባሕቲቱ ቦ ጊዜ አመ ይሰምዮሙ አብ ወቦ ጊዜ ወልደ ወቦ ጊዜ መንፈስ ቅዱስ ወኢይሁብ ዘይደልዎሙ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	4. ነቲ ኸሓዲ ሰባልዮስ ኣይንምሰሎ፣ ነቲ ብዛዕባ ቅድስት ሥላሴ፡ 'ብሰም ጥራይ እዮም ሠለስተ እምበር ብኣካልስ ሓደ እዩ' ክብል ዝተዛረቦ ንቐፍ ዘረባኡ ውን ኣይንቅበሎ። ደጊምና ውን ካብ ብዙኃት ኣማልኽቲ ምግባር፡ ብዝያዳ ድማ ካብቲ ነዞም ሠለስተ ኣካላት ብሰም ጥራይ ሠለስተ ኢሉ ብኣካል ሓደ ዝገብር ናይቲ ናይ ሕሊና ዓሻ ኣይሁዳዊ ሰባልዮስ ነገር ንተሓሉ። **አብ** ኢሉ ዝጸውዓሉ ጊዜ ኣሎ፡ ወልድ ኢሉ ዝጸውዓሉ ጊዜ ኣሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ኢሉ ዝጸውዓሉ ጊዜ ውን ኣሎ፣ **ንአብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ** ዝግብኦም ሰምን ግብሪን ሂቡ ኣይዛረብን እዩ።
፭ ንሕነሰ ንብል አብሰ አብ ውእቱ ወወልድኒ ወልድ ውእቱ ወመንፈስ ቅዱስኒ መንፈስ ቅዱስ ውእቱ ወኢኮነ አብ ወልደ ወኢመንፈስ ቅዱስ ወወልድኒ ኢኮነ አበ ወመንፈስ ቅዱስ ወመንፈስ ቅዱስሂ ኢኮነ አበ ወኢወልደ ዳእሙ ፭ዱ እሙንቱ በህላዌ መለኮት እንዘ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት እንበለ ውላጤ ወኢፍልጠት ወኢሚጠት አኮ በአስማት ዳእሙ በምግባር ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት ወንትዐቀብ ዓዲ እምንባበ ሰባልዮስ ዐላዊ ዘመክፈልቱ መክፈልተ አይሁድ ወመጥዐዊ ወእምጽርፈተ አርዮስ መስሐቲ ዘይከፍል ቅድስተ ሥላሴ ኀበ ህላዌያት ፍሉጣት ወመዓርጋት ትሑታት ዘኢይረትዕ ወኢይትጋባእ ሙሱነ ንባበ ወተቃራኔ ጽድቅ ወሕሰወ ቃል።	5. ንሕና ግና 'አብ አብ እዩ፣ ወልድ ኸኣ ወልድ እዩ፣ መንፈስ ቅዱስ ውን መንፈስ ቅዱስ እዩ' ንብል። 'አብ'ቱ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣይበሃልን እዩ፣ '**ወልድ**' ኸኣ **አብን** መንፈስ ቅዱስን ኣይበሃልን እዩ፣ '**መንፈስ ቅዱስ**' ውን **አብን** ወልድን ኣይበሃልን እዩ። እኳ ደኣ ብዘይ ምልዋጥን ብዘይ ምንዋጽን ብዘይ ምፍላይን ኣካላት ገጻት ሠለስተ ክኾኑ እንከለው ብባህርየ መለኮት ግና ሓደ እዮም። ኣምላኽነቶም ውን ብሰም ጥራይ ዘይኮነስ ብሥራሕን ንኾኑ ፍጥረት ብምፍጣርን ውን እዩ። ከምኡ ውን ካብ ዘረባ ናይቲ ዕድሉ ክፍሉ ምስቶም ኣይሁድን ጣዖታውያንን ዝኾነ መናፍቕ ሰባልዮስ ንተሓሉ። ካብቲ ነቒፋን ጸሪፋን ዝዛረቦ ክሕደት ናይቲ ንሰብ ዘስሕት፡ ነዞም ሠለስተ ኣካላት ናብ ዝተፈላለዩ ባህርያትን ትሑታት መዓርጋትን ዝኽፍል፡ ምስ መጽሓፍትን መምህራንን ዘይሰማማዕ፡ ነገሩ ጥፋእ፡ ተቓዋሚ ቅኑዕ ሃይማኖት፡ ሓሳዊ ኣርዮስ ውን ንተሓሉ ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 113
፮ ንሕነሰ ንነድፎሙ በሐጸ ቃልነ ወናርሕቆሙ እምሃይማኖትነ ርትዕት መጥበቢት ወአምላካዊት ወንሜንን ዓዲ ንባበ አይሁዳዌ ወክፍላተ መጠዐዌ እሉ እለ ይትአመኑ ፩ደ ገጸ ወይከፍሉ ተዋሕዶተ መለኮት ወህላዌ ወኢይሌብው ከመ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ወ፩ዱ መለኮት እሙንቱ አላ ይትአመኑ በሕሊናሆሙ ሙሰንት ህላዌያተ ፍሉጣተ በበይናን ወያበውኡ መዓርጋተ ልዑላተ ወትሑታተ ንሕነሰ ርቱዓነ ሃይማኖት ንርሕቅ ወንትፈለጥ እምኔሆሙ ወንብል እስመ ወልድ ቀዳማዊ ዘህሎ እምቅድመ ዓለም ወእምቅድመ ኵሉ ፍጥረታት እለ ተፈጥሩ አምላክ ዘእምአምላክ እግዚአብሔር ቃል ዘዕሩይ በህላዌ መለኮት ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ በእንቲአነ ንሕነ እጓለ እመሕያው ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማይ ወለብሰ ሥጋነ ዘከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት እንዘ ኢየዐርቅ እምህላዌ መለኮቱ ወሥጋሂ ዘተዋሐደ ቦቱ እንዘ ኢይፈልስ ለከዊነ ህላዌ መለኮት ምንትኒ ለግሙራ ።	6. ንሕና ግና ብቃልና አውጊዝና፡ ካብታ ቅንዕቲ ፍልጠት ዝርከበላ አምላክ ዝግለጸላ ሃይማኖትና ክንፈልዮም ኢና። ከምኡ ውን ነቲ ኣይሁዳዊ ‘ሓደ ገጽ’ ዝብሎ፡ እቲ ጣዖታዊ ውን ‘ዝተፈላለየ አምላኽ ኣሎ’ ዝብሎ ንቃወሞ ኢና። እቶም ‘ሓደ ገጽ’ ኢሎም ዝኣምኑ፡ ንሓድነት መለኮትን ባህርይን ዝኽፍሉ እዚኣቶም እዮም። እቶም ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት፡ ሓደ መለኮት ከምዝኾኑ ኣይፈልጡን እዮም። እኳ ደኣ በዚ ከንቱ ሓሳቦም ንበብርእሶም ዝተፈላለዩ ባህርያት ይኣምኑ፡ ክብ ዝበለን ለጠቕ ዝበለን መዓርግ ውን ይምህሩ። ሃይማኖትና ዝቐንዐ ንሕና ግና ካብኣም ፈጺምና ተፈሊና፡ ‘እቲ ቅድመ ዓለምን ቅድሚ ኵሎም ዝተፈጥሩ ፍጥረታትን ዝነበረ፡ ካብ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ብባህርየ መለኮት ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾነ፡ ብቐድምና ዝነበረ ወልድ እግዚአብሔር ቃል፡ ስሉና ምእንቲ ሰባት ንኣና ንምድኃን ካብ ሰማያት ወሪዱ ካብ ኣምላኻዊ ባህሪኡ ከይተፈለየ፡ ዝተዋሓዶ ሥጋ ናብ መለኮት ምኻን ፈጺሙ ከይተለወጠ፡ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ከማና ሥጋ ተዋሓደ’ ንብል።
፯ ወአስተዋሐደ ህላዌሁ እንበለ ተፈልጦ እም፪ቱ ህላዌያት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ፍጹማን ፩ዱ ውእቱ አማኑኤል አምላክነ ነአምን ቦቱ ፩ደ ወልደ ወ፩ደ እግዚእ ዘበአማን ፩ደ አካለ ወ፩ደ ገጸ ወ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ መልክዐ ቃል ዘተሠገወ ወተሰብአ ፍጹመ ዘበአማን ወኢንክፍሎ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረኰብ ወዘኢይትነገር እንበለ ቱሳሔ ወኢትድምርት ወኢውላጤ ወኢተፈልጦ በመንክር ግብር ዘኢይትነገር ወይትዐዶ እምልቡና ወኢይረክቦ ሕሊና ሰብእ ዕውብ ወመድምም ውእቱ መዋኤ ንባብ ወልቡና አምላክ ዘበአማን።	7. ካብ ክልተ ባህርያት ውን ብዘይምፍላይ ነቲ ባህሪኡ ሓደ ገበረ። እዚኣቶም ድማ ፍጹማን ዝኾኑ መለኮትን ትስብእትን እዮም። ኣምላኽና ኣማኑኤል ሓደ እዩ። ቡቲ ብሓቂ ፍጹም ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ወልድ፡ ብሓቂ ሓደ ጉይታ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ሓደ መልክዕ ከምዝኾነ ንኣምን ። ድኅሪ እቲ ሕሊና ሰብ መርሚሩ ዘይረኽቦ ካብ ልቡና ዝረሓቐ ዘይንገር ግሩም ሥራሕን፡ ምኽፋል ምልዋጥ ምጽምባር ምትሕውሳስ ከይሃለዎ ዝተገብረ ዘይምርመርን ዘይንገርን ተዋሕዶ፡ ‘ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል’ ኢልና ኣይንኸፍሎን ኢና። ልብና ዘይምርምሮ ልሳን ዘይዛረቦ ረቂቅ ግሩም ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ።
፰ ወናርሕቅ ኵሎ ጉልቋተ ህላዌ ዘመለኮት ወንዕቀብ ትሥልስተ አካላት ወገጻት ወንንግር ተዋሕዶቶ ምስለ ሥጋ አምላክ ቃል ዘኢይትፈለጥ ወዘኢይትበህል ዘከመ እፎ ውእቱ ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ተሠገወ ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ወኢተወለጠ ህላዌ ሥጋ ለከዊነ መለኮት ወህላዌ መለኮትኒ ለከዊነ ሥጋ ወባሕቱ ለሊሁ ወረደ በፈቃዱ እምሰማያት ወተሠገወ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል በኵሉ ጊዜ ማርያም።	8. ‘ባህርየ መለኮት ዝተፈላለየ እዩ’ ምባል ውን ነርሕቅ። ናይ ኣካላትን ናይ ገጻትን ሠለስትነት ንዓቅብ። ዘይፍለ፡ ከመይ ምኻኑ ዘይንገርን ብዘይ በይና ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሕ ዝመስለናን ኣምላኽ ቃል ምስ ሥጋ ምውሕሓዱ ንንገር። ሰብ ኮነ፡ ኵሉ ናትና ዝኾነ ውን ፈጸመ፡ ባህርየ ሥጋ ናብ መለኮት ምኻን፡ ባህርየ መለኮት ውን ናብ ሥጋ ምኻን ኣይተለወጠን። እኳ ደኣ ንሉ ብፍቓዱ ካብ ሰማይ ወሪዱ ካብታ ብኵሉ ጊዜ ንጽሕቲ ዝኾነት እመቤትና ድንግል ማርያም ሰብ ኮነ ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 113
፱ ወቦቱ ሐመ ርኅበ ወጸምአ ወደክመ እም ሐዊረ ፍኖት ተጸፍአ ወተቀሥፈ ወተሰቅለ ወተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ ዲበ ዕፀ መስቀል ክቡር ወሀቤ ሕይወት ወለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘኢየሐምም ሐመ ወዘኢይመውት ሞተ እንዘ ውእቱ ፈጣሬ ኵሉ ፍጥረታት።	9. ብሥጋ ሐመመ፡ ጠመየ ጸምአ መገዲ ብምኁድ ደኸመ፡ ብጽፍዒት ተሃርመ፡ ተገርፈ ተሰቅለ፡ ሕይወት ዝዕድል ንሱ ኣብ ክቡር መስቀል ኣእዳውን ኣእጋሩን ተሸንከረ። ንሱ እግዚአብሔር ቃል ዘይሓምም እንከሎ ሓመመ፣ ንኹሉ ፍጥረት ዝፈጠረ እንከሎ እቲ ዘይመውት ሞተ ።
፲ እመሰ መጽአ በካልእ እምዝንቱ እፎኑ እም ኮነ ይደሉ ይንሣእ ሕማመነ ወድካመነ እመ ኢተዋሐደ በሥጋ ዘይትማሰለነ ወይትዔረየነ ሐማሚ ወመዋቲ ወሶበሂ ሐመ ኢተፈልጠ መለኮቱ እምትሰብእቱ ወለሊሁ አምላክ ፍጹም ውእቱ ወሰብእ ፍጹም ኅቡረ ተወክፈ ሕማመ በሥጋሁ ወበእንተ ዝንቱ ንትሜካሕ በእንተ ዘአግዐዘነ እምቅኔ ሞት ወፂወወ ሲኦለ ወአንገፈነ እምእደ አጽራር ዘውእቶሙ ሞት ወሰይጣን ወአግዐዘነ እምቅኔሆሙ።	10. ካብዚ ብዝተፈልየ ባህርይ ሰብ እንተዝኸውን፡ ንኣና ዝመሰልን ዝተኻኸልን ዝሓምም ዝመውት ሥጋ እንተዘይዋሓድ ነይሩ፡ ከመይ ኢሉ ነቲ ሕማምናን ድኻምናን ገንዘብ ክንብር ምተገበአ ነይሩ። መከራ ኣብ ዝተቐበለሉ ጊዜ ውን መለኮት ኣብ ሥጋኡ ኣይተፈልየን። ንሱ ብተዋሓዶ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ። ብሥጋኡ መከራ ተቐበለ። ካብ መግዛእቲ ሞት ስለዘድኃነናን ንሲኦል ስለዝማረኻን ካብ ኢድ ጸላእትና ማለት ሞትን ስይጣንን ስለዘውፅኣናን ንሕበን። ካብ ናታቶም መግዛእቲ ድማ ናፃ ገበረና ።
፲፩ ወኢዐረቀ እመንበሩ አምላካዊት ወኢተፈልጠ ለግሙራ ወኢሐመ በምትሐት አላ ሐመ እሙነ እሙነ ርኅበ ወእሙነ ጸምአ እሙነ ደክመ በዝንቱ ሥጋ ዘነሥአ እምከርሠ እሙ እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ዘኢየሐምም ሐመ ወዘኢይመውት ጥዕመ ሞተ በፈቃዱ በሥጋ።	11. ካብ ኣምላኻዊ ክብሩ ከኣ ፈጺሙ ኣይተፈልየን። ብሓቂ ደኣ ሓመመ እምበር ብሓሶት ብምትሓት ኣይሓመመን ። ብሓቂ ጠመየን ጸምኣን። ቡቲ ካብ ማኅፀን እታ ንጽሕቲ ድንግል ኣደኡ እመቤትና ቅድስት ማርያም ዝወሰዶ በዚ ሥጋዚ ብሓቂ ደኸመ። እቲ ዘይሓምም ሓመመ፣ እቲ ዘይመውት ውን ብፍቓዱ ብሥጋ ሞተ ።
፲፪ ወእመሰ ንትአመን እምዝንቱ ካልእ እም ኢኮነ ግዑዛነ እምዝንቱ ሕማም ወእምኢተ ፈታሕነ እማዕሠረ ሞት አላ እምኮነ ከመ ነኪራን ወርሑቃን እምጽድቀ ትንሣኤ ወእም ተልሕኮ ዳግማዊት ወእመሰ ኢሞተ ክርስቶስ በሞተ ዚአነ በእንተ ኃጣውኢነ ወኢሐመ በሥጋ ከመ ሕማምነ እምኢተግዕዘነ እመርገመ አበሳ ዘቦአ ባቲ አዳም አቡነ ወእንበይነ ዝንቱ ሠዐረ ሥልጣነ ሞት በትንሣኤሁ ማሕየዊት ወመድኃኒት በከመ ይቤ ሐዋርያ አምላካዊ።	12. በዚ ፍሉይ ዝኾነ ሃይማኖት እንተንኣምንሲ ካብዚ ሕማም ናፃ ኣይምኾንናን ነይርና፣ ካብ ማእሠርቲ ሞት ውን ኣይምተፈታሕናን ነይርና፣ እኳ ደኣ ከምቶም ካብቲ ሓቀኛ ትንሣኤን ሓድሽ ተፈጥሮን ዝራሓቑ ዝተፈልዩ ምኾንና ነይርና። ክርስቶስ ኃጢኣትና ንምሥትሳራይ ናትና ሞት እንተ ዘይመውት፡ ብሥጋ ውን ከማና እንተዘይሓምም ነይሩ፣ ኣቦና ኣዳም ካብታ ተታኒዝላ ዝነበረት ፍዳ ኃጢኣት ኣይምድኃንን ነይሩ። ስለዚ ከኣ ከምቲ ኣምላኽ ዝኃደሮ ሓዋርያ ዝበሎ፣ በታ እተድኅንን ተኽብርን ትንሣኤኡ ሥልጣነ ሞት ኣጥፍኣ ።
፲፫ ውእቱሰ ኮነ ይትናገር በጥበብ ዘተነበየ ወይቤ እስመ ደቂቅ ዘኮኑ እምሥጋ ወደም ወከመዝ ውእቱ በዝንቱ ፍኖት ወበዝንቱ አርአያ ተመሰለ ከመ ያብጥል በሞቱ ሞተ ወዘሎቱ ሥልጣነ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ኢነሥአ እመላእክት አምሳለ ወኢሥጋ አላ ነሥአ እምዘርአ አብርሃም ወበእንተ ዝንቱ	13. ንሱ ጳውሎስ ከምዚ እናበለ ብፍልጠት ይነግሮም ነበረ ፥ ‘ውሉድ ካብ ሥጋን ደምን ተረኽቡ፣ ከምኡ ድማ ንሱ ብሞቱ ንሞትን ነቲ ሥልጣነ ሞት ዘለዎ ሰይጣንን ክጥፍእ በዚ መንገድዚን በዚ ኣምሳልዚን ንእኣም መሰለ። ነቲ ‘ምምሳል’ ከኣ ካብ ባህርይ ኣብርሃም ደኣ ወሰደ እምበር ካብ ባህርይ መላእኽቲ ኣይወሰደን ። ስለዚ ኸኣ ነቶም

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 113
ደለዎ ከመ ይትመሰሎሙ ለአኃዊሁ ዘርአ አብርሃም ወነሥአ ሥጋ ዘይትዔረየነ ወየሐምም ዘከመ ሕማምነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት። ዕብ ፪፡፲፩-፲፯።	ደቂ አብርሃም ዝኾኑ ኣኀዋቱ ኾመሰሎም ተገብኦ።' እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ፡ ከምቲ እንሓሞ ዝሓምም ንኣና ዝመስል ሥጋ ወሰደ።ዕብ 2፡14-17።
፲፬ ወዝንቱ ዘእምእግዘእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል ወልድ ዋሕድ ወነሥአ ሎቱ ሥጋ እምኔሃ በፈቃዱ እንዘ አልቦ ዘያጌብሮ በእንቲአሃ ወገብረ ትእምርታተ አምላካዊ ወምግባራተ ሰብአዊ እንበለ ፍልጠት ዘይደሉ ለመለኮቱ ወትሰብእቱ ውእቱ ይትናገር ከመ ሰብእ ወይገብር ከመ አምላክ ተአምራተ ወኃይላተ ወይትዌከፍ ሕማማተ ወአኮ በተፈልጦ ህላዌ አምላካዊት እምሥጋ ሰብአዊት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ወኢንፍልጥ ቃላተ ወምግባራተ ወሕማማተ በበይኖን በከመ ይደሉ ለመለኮት ወትሰብእት አላ በፅዱ ህላዌ ወበፅዱ ገጽ ወበፅዱ አካል።	14. እዚ ወልድ ዋሕድ ድማ ካብታ ወላዲተ እግዚአብሔር ቃል እመቤትና ንጽሕትን ቅድስትን ድንግል ማርያም ዝተረኽበ እዩ። ኣገዳዱ 'ሰብ ኩን' ዝበሎ ዘይብሉ፡ ካብኣ ብፍቓዱ ሥጋ ወሰደ ። ከምቲ ንመለኮትን ትሰብእትን ዝግባእ ኾኣ ከይተኸፍለ ሥራሕ ኣምላኽነትን ሰብነትን ሠርሐ። ከም ኣዘራርባ ሰብ ይዛረብ፡ ኣምላኽ ብምኾኑ ድማ ምዉት የተንሥእ፡ ደዉይ ይፍውስ፡ መከራ ውን ይቕበል። ግናኸ ድኅሪ ዘይንገርን ዘይምርመርን ተዋሕዶ እታ ኣምላኻዊት ባህርይ ካብ ሰብኣዊት ባህርይ ኣይትፍለን እዩ። ነቲ ኣዘራርባኡን ሥራሑን መከራኡን 'ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ብምኾን ገበሮ' ደኣ ንበል እምበር 'እዚ ንመለኮት ይግባእ፡ እዚ ኾኣ ንትሰብእት ይግባእ' እናበልና በብናቶም ኣይንፈለዮ ።
፲፭ ወኢንብል ከመ ማኅበረ ኬልቄዶን ዐላውያን ወጸራፍያን ወኢንትአመን ከመ ልዮን ዘሮማ ፪ት ህላዌያተ ወኢ፪ት ኣካላተ ወኢ፪ት ገጻተ ወኢ፪ት ምግባራተ ወኢ፪ት ሥምረታተ ወእንበይነ ዝንቱ ንርሕቅ እምዝንቱ ወንዘልፍ እለ ይብሉ እሎንተ ቃላተ ምኑናተ ንሕነሰ ኢነአምር በላዕለ ክርስቶስ አምላክነ እንበለ ፅዱ ህላዌ ወፅዱ ኣካል ወፅዱ ገጽ ወእሉሰ ማኅበረ ኬልቄዶን ነበቡ ከንቶ ወመነኑ ጽድቀ ወወፅኡ እምሕግ ወጸረፉ ወሰመይዎ ለዝንቱ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊ ።	15. ከምቲ ከሓድትን ተጻረፍትን ማኅበረ ኬልቄዶን ዝብልዎ ኣይንብልን ኢና። ከም ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ልዮን ውን 'ክልተ ባህርያት ክልተ ኣካላት ክልተ ገጻት ክልተ ግብራት ክልተ ፍቓዳት' ኢልና ኣይንኣምንን ኢና። ስለዚ ድማ ካብዚ ርሒቕና ነቶም ንዑቃትን ንቑፋትን ቃላት ዝዛረቡ ሰባት ንቃወሞም። ንሕናስ ኣብ ፈጣሪና ክርስቶስ፡ ብዘይካ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ካልእ ኣይንፈልዋን ኢና። እዞም ኣብ ኬልቄዶን ዝተጋብኡ መናፍቓን ግና ነቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ንዒቕም ከንቱ ነገር ይዛረቡ፣ ካብ ሕጊ ወጽኡ፡ንእግዚኣብሔር ውን ኩሓድዎ። ነዚ ክሕደቶም ድማ 'ቀኑዕ ኦርቶዶክሳዊ ሃይማኖት እዩ' በልዎ ።
፲፮ ንሕነሰ ናወግዞሙ በሐጸ ንባብነ ወበቃልነ ገሀደ በአፋነ ወውሣጥያተ ሕሊናነ ወእምነትነ እስመ ሕዝብ መሪራን እሙንቱ ዘይከፍልዎ ለፅዱ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ወናሴስል ዓዲ እከዮ ለልዮን ወንነድፎ በሐጸ ግዘት ወንመትሮ በሰይፈ መለኮት ወከማሁ ለኵሎሙ ኦርሲሳን ተቃራንያን እለ አልቦሙ አምላክ እለ ይትአምኑ ፪ት ህላዌያተ ወ፪ት አካላተ ወ፪ት ገጻተ ወ፪ት ፈቃዳተ ላዕለ እግዚአብሔር ቃል ዘውእቶሙ አፍሮጢናስ ወጢማ ወጳውሎስ ሳምሳጢ ወአርዮስ ትያድርስ ወንስጥሮስ ወዋሊጦስ	16. ንሕና ግና፡ ብልሳንናን ብኃይሊ ቃልናን ገሊጽና፡ ብኣፍናን ልብናን ኣሚንና ኣውጊዝና ክንፈልዮም ኢና። ምኽንያቱ ነቲ ሓደ ክርስቶስ ናብ ክልተ ባህርይ ዝኸፍሉ ዝተረግሙ ሕዝቢ እዮም። ከምኡ ድማ ንኽሕደት ልዮን ብውግዘት ከነርሕቆ፡ ብኩናት ውግዘት ውን ክንወግኦ ኢና ። ብሰይፈ መለኮት ውን ክንቁራርጾም ኢና። ከምኡ ውን ነቶም ኣብ እግዚኣብሔር ቃል ክልተ ባህርያት ክልተ ኣካላት ክልተ ገጻት ክልተ ፍቃዳት ኣሎ ኢሎም ዝኣምኑ፡ ኣምላኽ ዘይኃደሮም ተኸራኸርቲ መናፍቓን ኮሎም ኣውጊዝና ክንፈልዮም ኢና። ንሳቶም ድማ ኣፍሮጢናስን ጢማን ጳውሎስ ሳምሳጢን ኣርዮስን

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፫	ዘዮሐንስ ም፡ 113
ሰዱድ ወርሑቅ እምሃይማኖት ርትዕት ወእምስባሔ ንጹሕ ወግሁድ ዝኩ ዘኮነ ዐላዌ ወመስተጋዕዘ ለእግዚአብሔር ወተቃራኔ ለጽድቅ።	ትያድርስን ንስጥሮስን ከምኡ ውን እቲ ካብ ምእመናን ዝተፈልየ ካብ ሓቀኛ ሃይማኖት ብምርሓቁ ዝተፈልጠ፡ ንጹሕ ምስጋና ካብ ምቕራብ ዝተገለለ፡ ነዚ ሓቂዚ ዝቃወም ንእግዚአብሔር ዘጸርፍ መናፍቕ ዋሊጦስ እዮም ።
፲፯ ወዓዲ ለአንርያና ወለታኦድሮጦስ ወለአቡሊናርዮስ እምጣውና ወለእስክንድሮስ ዕቡይ ወላውቲኖስ ወኑሪ ወለዮንልንስ እለ አኅጉሉ ነፍሳቲሆሙ ከመ ሦክ ዘአልቦቱ ፍሬ ወለቀድ ወለታሪብ ርኩሳን ወምኑናን ወለዮልያኖስ ፈረሳዊ ወለኮሎሙ ዐላውያን እለ ይክሕዱ ፲ተ ወ፪ተ ቃላተ ብሩሃተ ወርቱዐተ ዘበአማን ሕግ ጽድቅት እንተ ዘቀዱስ ወብፁዕ መምህረ ርትዕ ቄርሎስ ፍቁር ወቁላፋኑ አልባብሂ መስተቃርናን እሉ አይሁድ ርኩሳን ዘውእቶሙ ንስጥሮስ ወካልኣኒሁ ዘቃላቲሆሙ መስተቀጥዒተ እግዚአብሔር ወለኮሉ ዘይስነዐዎሙ ወየጎብር ምስሌሆሙ በሃይማኖት ርኵሰት ወበእከዮሙ ወበዕልወቶሙ መስተቃርንት ወስካረ ዕበዶሙ ምትሐታዊት እለ ሥጡማን በንዋመ ዕቅፍት ወዘይመስሎሙ።	17. ከምኡ ውን ኣንርያንን ታኦድሮጦስን፡ በዓል ጣውና ኣቡሊናርዮስን እቲ ዕቡይ እስክንድሮስን፡ ከምቲ ፍረ ዘይብሉ እሾክ ንነፍሶም ዝጉድኡ ላውቲኖስን ኑሪን ዮልንስን፡ ዝተናዕቁ ዝተዋረዱ ቀድን ታሪብን፡ ፈረሳዊ ዮልያኖስን ከምኡ ኸኣ ኵሎም እቶም ‘ቅንዕቲ ሃይማኖት ዝመሃረ ፍቁር ብፁዕ ወቅዱስ ቄርሎስ ብሓቂ ርድኢቲ ሕጊ ገይሩ ዝሥርያም ቅኑዓትን ንሰብ ፍልጠትን ዝኾኑ ነዞም 12 ቃላተ ግዘት’ ዝኽሕዱ መናፍቓን ከነውግዞም ኢና። እዞም ናይ ልቢ ዓያሹ ርኹሳት ኣይሁድ እዮም፣ ንሳቶም ድማ ንስጥሮስን ብቃላቶም ንእግዚአብሔር ዘቁጥዑ ወገናቱን እዮም። ከምኡ ውን ኵሎም እቶም ዝስዕብዎም፡ በታ ርኽሰቲ ሃይማኖቶምን ክፋእ ትምህርቶምን ተቓዋሚት ሃይማኖት ክሕደቶምን ምትሓታዊት ዕብዳኖምን ውን ምስኦም ዝሓብሩ። ከምኡ ኸኣ ኵሎም ብድቃስ ክሕደት ዝተታኘዙን ዝመስልዎን እዮም።
፲፰ ንሕነሰ ናወግዞሙ ወንመትሮሙ እምኔነ ለእሉ ዐላውያን ወለባውጢኖስ ወለባስሊድስ ወለዘይኑን ወለማኒ ፋርሳዊ ወለአውሊናርዮስ ወለአውጣኪ አብድ ዘአልቦቱ አእምሮ ዝኩ ዘኢይደልዎ ይለቡ ወኢከመ ይምህር ወምስለ ዓዲ ናወግዝ ኦርየስሃ ወመቅዶንዮስሃ ወአውናምዮስሃ ወኵሎ ዘይመስሎሙ በዕልወት ወበካሕድ ወዘይተልዎሙ ወኮኑ እምኔሆሙ እሉ እለ ይትቃረኑ ቅድስተ ሥላሴ ዕሩያነ ሀልዎ ወቅድምና ወኮኑ ይትዐረወዩ በካሕዶሙ ፀር ተጻባዕያን እሉ አብዳን እለ ይፈልጡ መለኮተ እምትስብእት በምግባሮሙ ሙሰንት ወለት/ሥልስት አካላት ወገጻት ያመጽኡ ትድምርተ ወለህላዌ መለኮትኒ ፍልጠተ።	18. ነዞም መናፍቓን እዚኣቶም ባውጢኖስን ባስሊድስን ዘይኑን ፋሪሳዊ ማኒን ኣውሊናርዮስን፡ ከምኡ ውን ኣእምሮ ዘይብሉ ደንቁሮን ክምህር ዘይክእል መናፍቕን ኣውጣኪ ኣውጊዝና ክንፈልዮም ኢና። ምስ እዚኣቶም ውን ንኣርዮስን መቅደንዮስን ኣውናምዮስን ኵሉ እቲ ብክሕደት ዝመሰሎምን ኣርኢያ ገይሩ ዝኾነሎምን ክነውግዞም ኢና። ካብቶም ‘ቅድምና ብምህላው ሓደ ዝኾኑ ነዞም ሠለስተ ኣካላት ዝኽሕዱ’ ስለዝተማህሩ ዝዳፈሩ ጸላእቲ በቲ ክሕደቶም ኣሪዊት ኮይኖም እዮም። እዞም ብክፋእ ግብሮም ንመለኮት ካብ ትስብእት ዝፈልዩ፡ ኣብ ሠለስትነት ናይ ኣካላትን ገጻትን ሓድነት ዘምጽኡ፡ ኣብ ባህርየ መለኮት ውን ምኽፋል ዝምህሩ ዓያሹ እዮም ።
፲፱ ንሕነሰ ክርስቶሳውያን ናርሕቅ እምኔነ እሎንተ እምነታተ ርኩሳተ ወንትዌከፍ ተዋሕዶተ ዘኢይትፈለጥ ወዘኢይትከፈል ወዘኢይቶሳሕ ወንፀመድ በርትዕ ለሃይማኖት ጽድቅት እንተ ዘአበዊነ ርቱዓነ ሃይማኖት ንሰግድ ወንትቀነይ ለክርስቶስ አምላክነ ዘአስተጋብአነ ላዕለ ዛቲ ሃይማኖት ርትዕት	19. ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ግና ነዞም ርኹሳት እምነታት ካባና ነርሕቕ ኢና። በቲ ዘይፍለ ዘይክፈል ዘይሕወስ ተዋሕዶ ንኣምን። ነታ ርቱዓ ሃይማኖት ኣቦታትና ሓዋርያት ዝኣመንዋ ርድኢቲ ሃይማኖት ብቅንዕና ነገልግል ኣሎና። በዛ ምርጽትን ክብርትን ሃይማኖት ሓደ ንዘገበረና ፈጣርና ክርስቶስ ንግዛእ፣ ንሰግድ ውን፣ ነቲ ዘይክፈልን ዘይልወጥን ናይ

ዘዮሐንስ ም፡ ፲፯፥፲ ፡ ፲፯፥፩	ዘዮሐንስ ም፡ 113 ፡ 114
ወቅድስት ወንገኒ ለመለኮተ አምላክነ ዘኢይትከፈል ወዘኢይትቄለጥ ወዓዲ ንትላጸቅ በጽድቀ ወንጌሉ እስከ ለዓለም በኪዳን ሐዲስ ወዘንቱ ውእቱ እምነትነ ላዕለ ቅድስት ሥላሴ በፍሥሓ ወበሐሤት።	ፈጣሪና ባህርይ ውን ንኣምን። ከምኡ ድማ ብሃይማኖት ሓደ ኮይንና፡ ንዘለዓለም ብወንጌል ጸኒዕና ንነብር። ብፍጹም ደስ ኢሉና 'ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ' ኢልና እንኣምኖ እምነት እዚ እዩ ።
፳ ወንሰአል ለነገሥትነ ምእመናን ከመ የሀቦሙ ሥልጣነ ወኃይለ ወመዋዕ ወለኵሉ ዓለም ሣህለ ወምሕረተ ወለአብያተ ክርስቲያናትሂ ወለምኔታት ዛኅነ ወመርሰ ሰላመ ወህድአተ በኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ለዓለመ ዓለም አሜን።	20. ኑቶም ዝኣመኑ ነገሥታት ሥልጣንን ኃይልን ዓወትን ንኽህቦም፡ ንኵሉ ዓለም ውን ይቕሬታን ለውሃትን ንኽንብር፡ ከምኡ ድማ ንአብያተ ክርስቲያናትን ገዳማትን ከኣ ሰላምን ጎድኣትን ፍቕርን ሓድነትን ብጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኽህቦም ንለምን፡ ኣሜን ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፲፯፩ ክፍል ፪	**ምዕራፍ 114 ክፍሊ 2**
፩ እመልእክተ ሲናዲቆን ዘአብ ክቡር አባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ወሀገረ ምሥራቅ ወእለ ምስሌሃ ጎበ አባ አክርስቶዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ወግብጽ ወኖባ ወኢትዮጵያ ወምዕራብ ናሁ ነአምን ወንትአመን በልብ ወበአእምሮ ወልባዌ እምኵሉ ነፍስ እምነተ ጽድቀተ ዘይደሉ ላዕለ ሃይማኖት ክብርት ዘትትሌዐል እምኵሉ ክብር በአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።	1. ናይ ኣንጾኪያን ሶርያን ባቢሎንን ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዮሓንስ ናብ ናይ እስክንድርያን ግብጽን ኖባን ኢትዮጵያን ሰናርን ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ክርስቶዶሎስ ካብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፡ 'ብልብን ፍልጠትን፡ ካብ ኵሉ ፍጥረት ብዝተፈልየ ምስትውዓልን፡ ካብ ኵሉ ክብሪ ንእትበልጽ ክብርቲ ሃይማኖት ከምዝግባእ ነታ ርድኣቲ እምነት ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንኣምንን ንእመንን ።
፪ ሥላሴ በተዋሕዶ ልዑላን ወቀዳማውያን ዕሩያነ ህላዌ ወዕሩያነ መለኮት ወኃይል በአሐቲ ሥልጣን ወበ፩ዱ ፈቃድ ወበአሐቲ ሥምረት ወበፈጠረ ኵሉ ፍጥረታት ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ቅዱሳን ወፍጹማን ወአልቦ ውስቴቶሙ ሕጸት ወኢፍድፋዴ አላ ፍጹማን ወዕሩያን እሙንቱ በዅሉ ግብር ወኵሉ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምአካላት ህልዋን በበ አካላቲሆሙ ኅቡራነ ህላዌ ወመለኮት እንበለ ተፈልጦ ዘውእቶሙ ወላዲ ወዘተወልደ ወዘሠረጸ።	2. ሥላሴ ብሓድነት ዘይምርመሩ ቀዳማውያን እዮም። ብባህርይ ሓደ እዮም። ብመለኮት ብኃይሊ ብሓንቲ ሥልጣን ብሓደ ፍቓድ ብሓንቲ ሥምረትን ንኵሉ ብምፍጣርን ሓደ እዮም። እቶም ሠለስተ ኣካላትን ሠለስተ ገጻትን ፍጹማን ቅዱሳን እዮም። ብኵሉ ሥራሕ ዝመሳረረዩ ፍጹማን እዮም እምበር ኣብኦም ምብዛኅ ኮነ ምንኣስ የለን። ኵሉም ኣካላት ነፍሲ ወከፎም ውን ቡብኣካሎም ጸኒያም ይነብሩ። ብዘይምክፍፋል ብባህርይ ብመለኮት ሓደ እዮም። ንሳቶም ድማ ወላዲ አብ፡ ዝተወልደ ወልድን ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስን እዮም።
፫ ፩ዱ ውእቱ አብ ኢተወልደ እምካልእ ወኢይነሥእ ልደተ እምካልእ ወ፩ዱ ውእቱ ዘተወልደ እምአብ ዓዲመ ፩ዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ ዘሠረጸ እምአብ ቀዳማውያን እሙንቱ ምስለ አብ ወህልዋን አልቦሙ ጥንት ወኢይ ትዌሰኑ ኢፍጡራን ወኢግቡራን አላ ፈጣሪያነ ኵሉ ፍጥረታት ኢይትረከቡ በህላዌ ወኢይበ ጽሑሙ አእምሮተ ሰብእ ወዘእንበለ ቅድስት	3. አብ ብዘተፈልየ ኣካሉ ሓደ እዩ፡ ካብ ካልእ ኣይተረኽበን' ካብ ካልእ ውን ንልደት ገንዘብ ኣይንብርን። ካብ አብ ዝተወልደ ወልድ ኾነ ብዘተፈልየ ኣካሉ ሓደ እዩ። ካብ አብ ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ውን ብዘተፈለየ ኣካሉ ሓደ እዩ። ምስ አብ ካብ ጥንት ዝነበሩ ሎሚ ውን ዘለው እዮም። 'ኣብዚ ጊዜዚ ካብዚ ተረኽቡ' ኣይበሃሉን፣ ኣይውሰኑን እዮም። ንኵሉ ፍጥረት ዝፈጠሩ እዮም

ዘዮሐንስ ም፡ ፮፤፬	ዘዮሐንስ ም፡ 114
ሥላሴ ኢኮነ ምንትኒ እምዘኮነ ፫ቱ ቅዳሴያት እስትጉቡአን ዘይሴብሕዎሙ ሱራፌል ለእሉ ፫ቱ አካላት ቅዱሳን ወዘንተ ለበውነ እምቃለ ዐቢይ ወክቡር አትናቴዎስ ዘይቤ ወዓዲ ንአምን ወንትአመን እምኮሉ ነፍስ በ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መለኮት እንተ ዘእሉ ፫ቱ አካላት ቅዱሳን ወአልቦ ውፀእ ምንትኒ እምእሉ ፫ቱ አካላት እንዘ አሐቲ መንግሥት ወ፩ዱ መለኮት ወአሐቲ ሥልጣን ወ፩ዱ ህላዌ።	እምበር ዝተፈጥሩ ኣይኮኑን። ብባህርይ ኣይምርመሩን እዮም። ፍልጠት ሰብ ውን መርሚሩ ኣይበጽሐም እዩ። ካብቲ ዝተፈጥረ ኮሉ ፍጥረት ውን ሥላሴ ዘይፈጠርዎ የልቦን ። ሱራፌል ነዞም ሠለስተ ኣካላት ዘመሰግንሉ ሠለስተ ቅዳሴያት ብምሥጢር ሓደ እዩ። በዚ ውን 'ናይዞም ሠለስተ ቅዱሳት ኣካላት ገንዘብ ዝኾነ ባህርይ መለኮት ሓደ ከምዝኾነ፡ ብነፍስን ብሥጋን ንኣምንን ንእመንን' ክብል እቲ ዓቢይ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ብዝተዛረቦ ፈለጥና። ሓንቲ መንግሥቲ ሓደ መለኮት ሓንቲ ሥልጣን ሓደ ባህርይ ብምኻኖም፥ ካብዞም ሠለስተ ኣካላት ሓደ እኳ ዝፍለ የልቦን።፡
፬ ወብፀዕሰ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ይሜህረነ በድርሳኑ በእንተ ልደት ወዓዲ በእንተ ጥምቀት ከመዝ እንዘ ይብል ወሶበ ንቤ እግዚአብሔር ንብል በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ መለኮት በሥላሴ ወሥላሴ በተዋሕዶ ወሶበሂ ንቤ ፫ቱ አካላተ ለለኮሉ አካላት በበአካላቲሆሙ ንቤ ባሕርየ ፍጹመ ወ፩ዱ ህላዌ እንተ ዘቅድስት ሥላሴ ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ መንግሥት ወ፩ዱ ዕበይ ወአሐቲ ክብር።	4. ክቡር ቅዱስ ጎርጎርዮስ ውን ነገረ ልደት ከምኡ ውን ነገረ ጥምቀት ኣብ ዝተናገረሉ ድርሳኑ፥ 'እግዚኣብሔር ኣብ ንብለሉ ጊዜ **ብዛዕባ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ኢና ንነገር ዘሎና። እቲ ሓደ መለኮት ኣብ ሠለስትነት፡ ሠለስትነት ድማ ኣብ ሓደ መለኮት ኣሎ። በብኣካሉም ዘለው እዮም። ንኣካላት ውን ንነፍሲ ወከፎም **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ኣብ ንብለሉ ጊዜ ብዛዕባ እቲ ዘይክፈል ባህርይ ኢና ንዛረብ ዘሎና። ባህርይ ናይ ፍሉያት ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ውን ሓደ እዩ። ኣካላት ገጻት ሠለስተ እዮም። ባህርይ ግና ሓደ እዩ፣ መንግሥቲ ውን ሓደ እዩ፣ ጕይትነት ሓደ እዩ፣ ክብሪ ውን ሓንቲ እያ' እናበለ የረድእ ።፡
፭ ይትበሀል በእንተ እሉ አካላት አብ ብርሃን ወልድ ብርሃን ወመንፈስ ቅዱስ ብርሃን ዳእሙ ፩ዱ ብርሃን ዘኢይትከፈል ወኢይትዌለጥ በህላዌ መለኮት ወዓዲ ንብል አብ ሕይወት ወልድ ሕይወት ወመንፈስ ቅዱስ ሕይወት እንዘ ፩ዱ ሕይወት በህላዌ መለኮት።	5. ስለዚ ድማ ብዛዕባ እዞም ኣካላት፥ **ኣብ** ብርሃን እዩ፡ ወልድ ኸኣ ብርሃን እዩ፡ መንፈስ ቅድሱ ውን ብርሃን እዩ ተባሂሉ ይንገር፣ ግናኸ ብባህርየ መለኮት ዘይክፈልን ዘይልወጥን ብርሃን ሓደ እዩ። ከምኡ ውን ብመለኮታዊ ባህርይ ሓደ ሕይወት እንከለው፡ **ኣብ** ሕይወት እዩ፡ ወልድ ኸኣ ሕይወት እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ሕይወት እዩ' ንብል ።፡
፮ ወካዕበ ይትበሀል አብ ፩ዱ ወልድ ፩ዱ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ ውእቱ ወለለ፩ዱ እምአካላት ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አምላክ እሙንቱ ወኢይትበሀሉ ፫ተ አማልክተ ወአኮ እምነትነ በ፫ቱ ዕደው ወ፫ቱ አማልክት ወኢበ፫ቱ መለኮት አላ ነአምን በ፫ቱ አካላት ወ፫ቱ ገጻት ፍሉጣን ወበ፩ዱ አምላክ ወበ፩ዱ ህላዌ ወበእንተ አካላትሰ ፫ቱ ወ፫ቱ ገጻት እንተ ዘ፩ዱ ባሕርየ መለኮት በሰም ወበምግባር ።፡	6. ከምኡ ውን **ኣብ** ሓደ ይበሃል፡ ወልድ ኸኣ ሓደ ይበሃል፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ሓደ ይበሃል፡ ኣካላት ነፍሲ ወከፎም ብባህርይ ሓደ እዮም። ሠለስተ ኣማልኽቲ ኣይበሃሉን እዮም፣ እምነትና ውን ከም ሠለስተ ሰባት፡ ሠለስተ ኣማልኽቲ ኢልና ብሠለስተ መለኮት ኣይኮነን። እኳ ደኣ ፍሉያት ኣብ ዝኾኑ ሠለስተ ኣካላት ሠለስተ ገጻት፡ ሓደ ባህርይ ሓደ መለኮት ኢልና ንኣምን። ብዛዕባ ሠለስተ ኣካላትን ናይ ሓደ ባህርየ መለኮት ገንዘብ ዝኾኑ ገጻትን ብሰም ብግብሪ ሠለስተ እዮም ።፡
፯ ከመዝ ነአምን ወንትአመን ወአኮ ከመ እምነተ ሰባልዮስ ረሲዕ ዘይትአመን እምነተ	7. ከምዚ ኢልና ንኣምንን ንእመንን። ከሓዲ ሰባልዮስ 'ሓደ ኣካል' ኢሉ ከምዝኣምኖ ርኹስ እምነት

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬	ዘዮሐንስ ም፡ 114
መሰንተ በፅዱ አካል ወሰመየ አስማተ ባሕቲቱ በከመ ንባቡ ርኩሰት ዘይቤ ፅዱ አካል ወ፫ቱ አስማት ዕሩቃነ በተውላጣት ዘይቄልጦሙ በበዘመን ቦ አመ ይሰምዮ ለአብ አበ ወቦ አመ ይሰምዮ ወልደ ወቦ አመ ይሰምዮ መንፈስ ቅዱስ ወኢከመ እምነተ አርዮስ ወአውናምዮስ እለ ተህበሉ ወዐለው ወረሰዩ ህላዌያተ ፍሉጣተ ለአካለ መለኮት ወይቤሉ እግዚእ ወፈጣሪ ወፍጡር ወሠርዑ አማልክታተ ፍሉጣተ በውሳኔ ለዘኢይትዌሰን በክሕደት ወዕልወት ወአብኡ ማእከለ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ መዋዕላተ ርሑቃተ።	ኣይኮነን። ንሱ በታ ርኽሰቲ ዘረባኡ፥ 'ኣካል ሓደ እዩ' ይብል እሞ ቡቲ በብዘመኑ ዘምጽኦ ምልውዋጥ ድማ 'ኣስማት ግና ዝለዋወጡ ሠለስተ እዮም' ይብል። ንኣብ ሓንሳእ 'አብ' ይብሎ፡ ሓንሳእ ከኣ 'ወልድ' ይብሎ፡ ሓንሳእ ድማ 'መንፈስ ቅዱስ' ይብሎ። ከምኡ ውን ከም እምነት እቶም ብድፍረት ክሒዶም 'ጉይታ ፈጣሪ ፍጡር' ኢሎም ንኣካለ መለኮት ዝተፈላለየ ባህርያት ዝሃቡ፣ ብፍጹም ክሕደት ውን ነቲ ዘይውሰን ወሲኖም ዝተፈላለዩ ኣማልኽቲ ዝሠርዑ፣ ኣብ መንጎ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኸኣ ናይ ጊዜ ምርሕሓቕ ከምዘሎ ዝተዛረቡ፡ ኣርዮስን ኣውናምዮስን ኣይኮነን ።
፰ ወለነሰ ለክርስቲያን እምነትነ ጽዱቅ ርሑቅ ውእቱ ጥቀ እምዝንቱ ንባብ ርኩስ ወዕልወተ አቡሊናርዮስ ዕልው ከሐዴ እግዚአብሔር ዘአምጽአ ላዕለ መለኮት መዐረጋተ ፍሉጣተ ወክሂለ በብሂሎቱ ዐቢይ ወዘየዐቢ እምኔሁ ወዘይፈደፍድ በዕበይ ፅዱ ይቀድም እምካልኡ ወካልኡ እምሣልሱ ወአምጽአ ፍልጠተ ላዕለ ዕሪና ቅድስት ሥላሴ ወለነሰ እምነትነ ርሑቅ እምእምነተ እሉ ዐላውያን ወእምክሕደተ መቅዶንዮስ ዘፀረፈ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ወሰመዮ ፍጡረ በክሕደት ሰይጣናዊ ተቀዋሚ ወንጌል ወኢፈርሀ እምቃሉ ለእግዚእነ ዘይቤ ዘሰ ፀረፈ ላዕለ መንፈስ ቅዱስ ኢይትጎደግ ሎቱ በዝ ዓለም ወኢበዘይመጽእ ወእምትሩፋተ ቃልክሙ ማሕየዊ ወትምህርትክሙ ሐዋርያዊ ዘከርነ እሎንተ ቃላተ ሕጹጻተ በእምነት ርትዕት ወበልቡና አምላካዊ ወበሃሊአ አእምሮ በእንተ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት በዅሉ ግብር ።	8. ናትና ናይ ክርስቲያን ርዱእ እምነት ግና፣ ካብ ክሕደት ናይቲ ንቑፍ፡ ከም ኣበሃህላ ኣርዮስን ሰባልዮስን 'ሓደ ዓቢይ ኣሎ፡ ካብኡ ውን ዝበልጽ ኣሎ፡ ብድኃሪኡ ድማ ብኽብሪ ዝበልጽ ኣሎ፣ እቲ ሓደ ካብቲ ካልኣይ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብቲ ሣልሳይ ይቕድም' ብምባል ኣብ መለኮት ናይ መዓርግ ሥልጣን ምፍልላይ ዘምጽኡ፣ ኣብ ናይ ቅድስት ሥላሴ ባህርይ ሓድነት ምክፍፋል ዘምጽኡ፣ ኩሓዲ እግዚኣብሔር ዝኾነ ርኹስ ኣቡሊናርዮስ ፈጺሙ ዝተፈልየ እዩ። ከምኡ ውን ናትና ሃይማኖት፡ ካብ ናይዞም መናፍቓን ክሕደትን፡ ካብ ክሕደት ናይቲ 'ንመንፈስ ቅዱስ ዝፀረፈ ኣብዚ ዓለምዚ ኮነ ኣብቲ ዝመጽኤ ዓለም ኃጢኣቱ ኣይሥረየሉን እዩ' ክብል ጉይታ ንዝተዛረቦ ቃል ከይፈርሀ ንወንጌል ዝቃወም፡ ቡቲ ሰይጣን ዝመሃሮ ሓሶት ውን ንመንፈስ ቅዱስ ዝኽሓደን ፍጡር ዝበሎን ርኹስ መቅደንዮስ ፈጺሙ ዝተፈልየ እዩ። ብኾሉ ግብሪ ብዛዕባ እታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ፍልጠት ብምኻዝ፡ ቡቲ ኣምላኽ ዝገለጸልና ፍልጠት ብቅንዕቲ እምነት ኮይንና፡ ካብቲ ዘድጎን ፍጹም ቃልኩምን ሓዋርያዊ ትምህርትኹምን ዝተላዕለ ነዞም ውጉዳት ቃላት ተዛረብና ።
፱ ወይእዜኒ ንትመየጥ ወንንግር በእንተ ትስብእቱ ለክርስቶስ ወልድ ዋሕድ እግዚአብሔር ቃል ፅዱ እምቅድስት ሥላሴ ዘንሰግድ ሎቱ ወልድ ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ ቀዲሙ እንበለ ወሰን ወዘእንበለ ድካም ዘእንበለ ተፈልጦ ወተከፍሎ ኮነ ሰብአ ፍጹመ እንዘ ውእቱ አምላክ ቃል ዘይትሌዐል እምኮሉ አምላል በህላዌ መለኮት ወቦቱ ኮነ ኮሉ አዝማን ዘኃለፈ ወዓዲ ቦቱ ይከውን ኮሉ መዋዕል ዘተወሰነ ወቦቱ ይከውን ዓለምሂ ዘይመጽእ እስከ ለዓለም።	9. እምበኣር ሕጂ ናብቲ እንሰግደሉ ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ቃል ወልድ ዋሕድ ክርስቶስ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ናብ ምዝራብ ንመለስ። እቲ ዘመን ከይወሰኖ፡ ብዘይ 'ተድኅሮ ተፈልጦ ተከፍሎ' ኣቑዲሙ ካብ አብ ዝተወልደ ወልድ ዋሕድ ብባህርየ መለኮት 'ክንዲዚ ይኸውን ፡ ነዚ ውን ይመስል' ካብ ምባል ዝረሓቐ ኣምላክ ቃል ክኸውን ከሎ ፍጹም ሰብ ኮነ። ኮሉቲ ዝኃለፈ ዘመን ብእኡ ዝተረኽበ እዩ፣ እቲ ዓለም ክነብረሉ ዝተወሰነ ዘመን ውን ብእኡ ይውሰን፣ እቲ ንዘለዓለም ዝነብር ዝመጽእ ዓለም ድማ ብእኡ ይርከብ ።

ዘዮሐንስ ም፥ ፪፤፬	ዘዮሐንስ ም፥ 114
፤ ወኢኮነ ፍሉጠ ማእከለ አዝማን ዘኃለፈ ወኢድኅረ ዘመን ዘተወከፍናሁ ከመ አብ ቀዳማዊ እሰመ ኃይሉ ወጥበቡ ውእቱ ለአብ ውበርሃነ ስብሐቲሁ ወአምሳለ አካሉ ወበዘንቱ ይትሌበው ልደቱ ቀዳማዊ ዘአልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት ዘዕሩይ ምስሌሁ በክብር ዘይደሉ ለመለኮት በከመ ይቤ ዮሐንስ ወልደ ነጎድጓድ ። ዮሐ ፩:፩-፤፰ ።	10. አብ መንጎ እቲ ዝኃለፈ ዘመን ዘይነበረ ኣይኮነን። ድኅሪ ዘመን ተረኺቡ ዝኣመናዮ ኣይኮነን። ወልድ ናይ **አብ** ጥበቡን ኃይሉን፡ መፍለጢኡን ብመልክዕ ዝመሰሎ ብባህርይ ዝተኻኽሎን ስለዝኾነ ከም **አብ** ቀዳማዊ እዩ። እቲ ከም ንመለኮት ዝግባእ ክብሪ ምስ **አብ** ሓደ ዝኾነሉ ጥንቲ ፍጻመ ዘይብሉ ቀዳማዊ ልደቱ በዚ ይፍለጥ። ከምቲ ወልደ ነጐድጓድ ዝተሰምየ ዮሓንስ ዝበሎ ማለት እዩ። ዮሓ. 1፡1-18።
፤፩ ወከማሁ በዓለ ምሥጢራተ መንፈስ ጳውሎስ ኅሩይ ዘውእቱ መሠረተ ቤተ ክርስቲያን ይቤ ወበተፍጻሜተ ዘመን መጽአ በእንተ መድኃኒትነ ወለሐድሶትነ ወከመ ይሚጠነ ኅበ ዐቅምነ ዘቀዳሚ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ወዝኬ ውእቱ እምአመ ይቤላ ገብርኤል መልአክ ሊቀ መላእክት ለድንግል እግዚአብሔር ምስሌኪ ወበይእቲ ሰዓት በቅጽበት ኮነ ተዋሕዶ ዘኢይትፈለጥ ወዘኢይትነገር ወዘኢይትሌበው ወባሕቱ በከመ የአምር ለሊሁ ተሠገወ እንዘ ኢየአምር መኑሂ ወኢይክል ፈክሮ ክዋኔሁ ወበእንተ ዝንቱ ኢይትፈለጥ መለኮት ቅዱስ እምትስብእቱ ቃል ዋሕድ ወቀዲሙ ነበረ እንበለ ሥጋ ከመ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ወሶበ ሠምረ ወፈቀደ ለሊሁ ተሠገወ ወኢኮነ ፍሉጠ እምሥጋ አላ ፭ዱ ውእቱ እም፪ቱ መለኮት ፍጹም ወትስብእት ፍጹም በ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካል ወ፭ዱ ገጽ ዘተሠገወ ወአኮ እመንገለ ተፈልጦተ ህላዌያት እለ ይትጋብኡ በተዋሕዶ ይከውን ፪ቱ እሰመ ኮነ ፭ደ ወኢፈለሰ እምህላዌሁ ወኢተወለጠ ለግሙራ ።	11. ከምኡ ውን እቲ መሠረተ ቤተ ክርስቲያን፡ መንፈሳዊ ምሥጢር ዝተገልጸሉ ኅሩይ ጳውሎስ ከምዚ በለ፥ 'በቲ ደኃራዋይ ዘመን ንኣና ንምድኃንን ንምኽባርን ናብቲ ናይ ቀደም ክብርና ውን ንክመልሰና ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍሰን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ።' እዚ ድማ ሊቀ መላእኽቲ ቅዱስ ገብርኤል ንድንግል 'እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ' ካብ ዝበላ ጀሚሩ እዩ። በታ ሰዓት እቲኣ ድማ ክፍለ ዘይክኣል ዘይንገርን ዘይምርመርን ተዋሕዶ ብቅጽበት ተገብረ። ነገር ግና ሰብ ምኻኑ ሓደ እኳ ከይፈለጦን ኮነታቱ ከይተረድኦን ንሱ ብዝፈልጦ ሰብ ኮነ። ስለዚ ድማ እቲ ቅዱስ መለኮት ዋሕድ ቃል ካብቲ ዝወሰዶ ሥጋ ኣይፍለን እዩ። ቅድም ከም **አብን** መንፈስ ቅዱስን ሥጋ ከይተዋሓደ ነበረ። ኣብ ዝፈተወሉን ዝፈቐደሉን ጊዜ ግና ንሱ ሰብ ኮነ። ካብ ሥጋ ፍሉይ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ብምኻኑ፡ ካብ ፍጹም መለኮትን ፍጹም ትስብእትን ካብ ክልተኣም ሓደ ኾነ። ብተዋሕዶ ሓደ ዝኾኑ ባህርያት፡ ስለዘይተሓዋወሱ ክልተ ኣይበሃሉን፣ ኮሉ ጊዜ ሓደ ስለዝኾነ ባህሪኡ ኣይኃደገን፡ ከምኡ ውን ኣይተለወጠን ።
፤፪ ወሶበሂ ነሥአ ሎቱ ሥጋ ኢተወለጠ እምዘነበረ ቦቱ ቀዳሚ አላ ፭ዱ ውእቱ በከመ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ምስለ ሥጋ ወአልቦሙ ፍልጣን ለግሙራ እምድኅረ ተዋሕዶ ወሶበ ጠየቀ ልቡና ተዋሕዶተ ዝንቱ ወይቤ ፭ዱ ህላዌ ወ፭ዱ አካል ወ፭ዱ ገጽ አኮ ዘይከልእ ዝንቱ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል ዘውእቱ ተዋሕዶተ ሥጋ አላ ናፍጥን በልባዌ ኅበ አእምሮተ ተዋሕዶ እምነ ፪ቱ ህላዌያት ኅቡረ በ፭ዱ ገጽ ወበ፭ዱ አካል ወበ፭ዱ ህላዌ ወይሰመይ እንስሳ ነባቤ ዘውእቱ ብእሲ ፍጹም ወልደ አምላክ ቃል እንዘ ኢይትዌለጥ ወኢይትመየጥ ተዋሐደ	12. ከምኡ ውን ከምቲ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ምስ ሥጋ ሓደ ዝኾነት ሓደ እዩ እምበር፡ ሥጋ ምስ ወሰደ ካብቲ ቅድም ዝነበሮ ባህርይ ኣይተለወጠን። ድኅሪ ተዋሕዶ ፍጹም ምፍላይ የብሎምን። ልብና ነቲ ናቱ ተዋሕዶ ተረዲኡ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እኳ እንተበለ፡ እዚ ነቲ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻኑ ማለት ሥጋ ምውሓዱ ዝኾልእ ኣይኮነን። እንተኾነ ግና፣ ናብቲ ሓደ ገጽ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ብምኻኑ ካብ ሓደ ዝኾኑ ክልተ ባህርያት ሓደ ምኻኑ ክንፈልጥ ብምስትውዓል ንቐልጥፍ። 'ዝዛረብ እንስሳ' ይብሃል፣ እዚ ድማ ፍጹም ሰብ ማለት እዩ። ወዲ ኣምላኽ ቃል ከይተለወጠን ባህርይ ከይለቐቐን ሓደ ኣካል ሓደ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬

በሥጋ በፅዱ አካል ወፅዱ ህላዌ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት።

፲፫ ወተሰምየ ስሙ አማኑኤልሃ ዘበትርጓሜሁ አምላክነ ምስሌነ ወውእቱ ፅዱ ገጽ ወፅዱ ህላዌ ወፅዱ አካል ቃለ እግዚአብሔር ዘተሠገወ እንበለ ውላጤ ወኢትድምርት ወኢቱሳሔ ዘእንበለ ተፈልጦ ማእከለ ፪ቱ ህላዌያት ዘኮነ እምኔሆሙ ተዋሕዶ ዘኢይት ከፈል ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ወተዋሐደ ረቂቅ በሥጋ ገዚፍ ምስለ ህላዌ ሥጋ እንተ አልቦቱ ነውር ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ ወኢዘከረ መጽሐፍ ፪ተ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ወዘኢይትዌሰን ወለብሰ ሥጋ መዋቴ እመነ ወኢኮነ ምትሐተ ወኢነ/ሥአ ክፍለ እምኔሁ ወባሕቱ ፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወኮነ ዕሩየ ምስሌነ።

፲፬ በእንተ ዝንቱ ተወክፈ ኵሎ ዘዚአነ ርኅበ ወጸምአ ኖመ ወደክመ እምሐዊረ ፍኖት ተኩነነ ተሰቅለ ወሐመ ወተቀነወ ወበጽሐ ለሞት በፈቃዱ በከመ ነገራ ቅዱሳት መጻሕፍት ምሥጢር ዐቢይ ወግሩም ውእቱ ትስብእቱ ለመድኃኒነ ወይሁበከ ተፈልጦተ ወተከፍሎተ ወተዋሕዶተ።

፲፭ ወእመሰ ተብህለ ኮነ መድኃኒትነ በሰብእ ዝንቱ ዕልወት ወክሒድ ውእቱ ዳእሙ መድኃኒትነሰ ኮነ በአምላክ ዐቢይ መንክር ወመድምም ውእቱ ከዊነ አምላክ ሰብአ ፍጹመ ወዝንቱሰ ኮነ በመንክር ግብር ዘይትዐዶ እምልበ እጓለ እመሕያው ክዋኔ ሥርዓቱ ለአምላክ ወአልቦ ዘይክል መኑሂ ፍካሬሁ ወኢዘከመ እፎ ውእቱ ዕፁብ ወመን ክር ውእቱ ምሥጢረ ሥጋዌሁ ለአምላክነ ቃል ወኢሳይያስኒ ሰመዮ መንክረ ወመድምመ በግብር ዘኢይትነገር ወዘኢይትረከብ ወለሊሁ ይትሌዐል እምልቡና ሰብእ ወርሑቅ ውእቱ እምኵሉ ምትሐት ወተዐቅፎ። ኢሳ ፱:፮።

፲፮ ወአኮ በእንተ ዘኢይትረከብ በልቡና እጓለ እመሕያው ዘይርሕቅ ሕሊና በእንተ ተወክፎቱ እስመ ጽሑፍ ሚ የዐቢ ግብርከ እግዚኦ ወካዕበ ይቤ ውእቱሰ ኢአበሰ ወኢተረክበ ጉሕሉት ውስተ አፋሁ በከመ ይቤ ጴጥሮስ ሐዋርያ ወከማሁ ኢሳይያስኒ ዓዲ ወሶበ ኢተሠገወ

ዘዮሐንስ ም፡ 114

ባህርይ ብምኂን እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ተዋሓደ ።

13. ስሙ ኸኣ 'ኣማኑኤል' ተሰምየ፣ ትርጉሙ ድማ 'ኣምላኽና ምስ ባህርና ሓደ ኾነ' ማለት እዩ። ኣብ መንጎ እቶም እቲ ዘይክፈል ተዋሕዶ ዝኾነሎም ክልተ ባህርያት ማለት መለኮትን ትስብእትን፣ ብዘይ ምፍላይን ምልዋጥን ምሕዋስን ምድብላኾን ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ንሱ ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል እዩ። እቲ ረቂቕ መለኮት ግዙፍ ሥጋ ንምኂን ብዘይ ምፍላይን ምልዋጥን፡ ነውሪ ኮነ ነቕፋ ምስ ዘይብሉ ባህርየ ሥጋ ተዋሓደ። ድኅሪ እቲ ዘይውሰንን ዘይንገርን ተዋሕዶ፣ መጽሓፍ ክልተነት ኣይተናገረን። ብሓሶት ዘይኮነ፡ ብሓቂ ንመዋቲ ሥጋ ተዋሓደ። ካብኡ ከፊሉ ኣይተዋሓደን። እኳ ደኣ ብዘይ በይና ኃጢኣት ንኮሉቲ ናትና ዝኾነ ፈጸመ፡ ምሳና ውን ሓደ ኮነ ።

14. ነቲ ናትና ዝኾነ ኮሉ ገንዘብ ገበረ፣ ጠመየ፡ ጸምኡ፡ ደቀሰ፡ መንገዲ ብምኻድ ደኸመ፡ ንሞት ተፈርደ፡ ተሰቐለ፡ ሓመመ፡ ተሸንከረ፡ ብፍቓዱ ውን ክሳዕ ሞት በጽሐ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምዝብልዎ ናይ መድኃኒና ሰብ ምኂን ዘይመርመር ረቂቕ ምሥጢር እዩ። እቶም ባህርያት ቅድም በብርእሶም ምንባሮም ደኣር ግና ምውሓዶም የረድኣኩ።

15. ድኅነትና ብናይ ባህርይ ኣምላኽ ተገብረ እምበር 'ድኅነትና ብዕሩቕ ብእሲ ተገብረ' እንተተባሂሉ ግና እዚ ፍጹም ክሕደት እዩ። ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ምኂኑ ግሩም ረቂቕ እዩ። እዚ ኣምላኽ፡ ሰብ ዝኾነሉ ነገር በቲ ካብ ምርምር ልቢ ሰብ ዝረሓቐ ግሩም ዝኾነ ተዋሕዶ ተገብረ። ነገሩ ከመይ ከምዝኾነ ሓደ እኳ ዝፈልጥ የልቦን። እቲ ኣምላኽ ቃል ሰብ ዝኾነሉ ምሥጢር ዕፁብ ግሩም እዩ። ኢሳይያስ ውን በቲ ዘይምርመርን ዘይንገርን ሥራሕ ረቂቕ ግሩም ክብል ይጽውዖ። እዚ ድማ ካብ ምርምር ልቢ ሰብ ዝረሓቐ እዩ። ካብ ምትሓት ኮነ ጎድረት ምኂን ዝረሓቐ እዩ። ኢሳ. 9፡6 ።

16. ብልቡና ሰብ ስለዘይምርመር፡ ንእኡ ምእማን ካብ ልቢ ሰብ ርሑቕ ኣይኮነን። ከመይ 'ኣ ጉይታ ሥራሕካ ክንደይ ይደንቕ' ተባሂሉ ተጻሒፉ እዩ። ከምኡ ውን ከምቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ 'ንሱ ኣይበደለን፡ ሓሶት ውን ኣብ ልሳኑ ኣይተረኽበን' ዝበሎ እዩ። ከምኡ ውን ኢሳይያስ ኣቐዲሙ ተዛሪቡ እዩ ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬	ዘዮሐንስ ም፡ 114
እፎኑ እምሐመ ወሶበኒ ኢሐመ እምኢሞተ ዝኩ ዐዚዝ ወክብር ወሶበኒ ኢሞተ እፎኑ ይክውን መድኃኒትነ በከመ መሀረነ ጴጥሮስ ሐዋርያ ሊቀ አርዳእ እንዘ ይብል እስመ ክርስቶስ ሐመ በእንቲአነ በሥጋ ሶበሰ ሐልዮ ከመ ብእሲ ሐመ ወአኮ አምላክ ተሰብአ እም ኢይቤ ሐመ በሥጋ በእንቲአነ ዘኮነ ቀዲሙ እንበለ ሥጋ ወኢተወክፈ ሕማም ወባሕቱ ይቤ ሐመ በሥጋ ዘነሥአ ሎቱ ወኢሐመ በመለኮቱ ወኢዘከሮ ለሥጋ ዓዲ ፍሉጠ እመለኮት ወአጠየቀ ተዋሕዶቶ ለመለኮት ዘተዋሐደ እንበለ ፍልጠት አመ ተሠገወ አምላክ ቃል እስመ አምላክ ዘተሠገወ ለሊሁ ውእቱ ዘሐመ በተዋሕዶ ዘኢይትከፈል ። ኢሳ ፶፫:፬-፲፩። ፩ጴጥ ፪:፳፩-፳፭ ። ፫:፲፰።	ሰብ እንተ ዘይክውን ከመይ ኢሉ ምሓመመ ነይሩ፤ እንተ ዘይሓምም ከኣ እዚ ክቡር ጽኑዕ ኣምላኽ ንሱ ኣይምሞተን ነይሩ። እንተ ዘይመውት ነይሩስ እቲ ድኅነትና ከመይ ምኾነ ነይሩ፤ 'ክርስቶስ ምእንታና ብሥጋ ሓመመ' ክብል ዝመሃረና ሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ፣ እቲ ዝሓመመ ሰብ ጥራሕ ከምዝኾነን፣ ኣምላኽ ሰብ ከምዘይኮነን እንተ ዝምህር፣ እቲ ቅድም ሥጋ ዘይነበሮን ሕማም ዘይሰማምዖን ዝነበረ ንሱ 'ምእንታና ብሥጋ ሓመመ' ኣይምበለን ነይሩ። እኳ ደኣ ቡቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ፣ ብመለኮት ግና ኣይሓመመን በለ ። ኣምላኽ ቃል ሰብ ምስ ኮነ ብዘይ ምፍላይ ዝተዋሓዶ ናይ መለኮት ተዋሕዶ ደኣ ኣረድኣ እምበር ነቲ ሥጋ ካብ መለኮት ፈልዩ ኣይተዛረበን። ምኽንያቱ እቲ ብዘይክፈል ተዋሕዶ ዝሓመመ ንሱ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ኢሳ 53፡ 4-11። 1ይ ጴጥ 2፡21-25 ። 3፡18 ።
፲፯ ወእንበይነ ዝንቱ መሀረነ ዓምድ ጽኑዕ ወማኅቶት ብሩህ ወመምህር ዐቢይ ኦርቶዶክሳዊ አትናቴዎስ ዝኩ ዘነበረ ላዕለ መንበረ ማርቆስ ወንጌላዊ ዘትምህርታቲሁ እምእስትንፋስ መንፈስ ቅዱስ ወይቤ በድርሳኑ እስመ ክርስቶስ አምላክነ ተዋሐደ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወቦቱ ሐመ ወሞተ ወኢሐማሚ ውእቱ በመለኮቱ ወአመሂ ተሠገወ ርኅበ ወጸምአ እንዘ ኢይትፈለጥ አምላክ ቃል እምኔሁ ፍጹመ ለግሙራ ወኢይመውት በህላዌ መለኮት ወበእንተ ዝንቱ ይቤ ውእቱስ ሐመ እንዘ ኢይክውን ሥጋ ውፁአ እምኔሁ አላ ውእቱ ሥጋ ፍጹም ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወዘይደሉ ላዕለ ሥጋ ደለወ ላዕሌሁ።	17. በዚ ድማ እቲ ጽኑዕ ዓምዲ፡ ብሩህ ማኅቶት፡ ኦርቶዶክሳዊ መምህር ዝኾነ፡ ኣብ መንበረ ወንጌላዊ ማርቆስ ዝተቐመጠ፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተማህረ ዓቢይ ኣትናቴዎስ ምዂሩና እዩ። ኣብቲ ድርሳኑ ውን ከምዚ በለ፡ 'ኣምላኽና ክርስቶስ ነቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ተዋሓደ፣ ቡቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ሓመመ፡ ሞተ፡ ብመለኮቱ ግና ሕማም ኮነ ሞት የብሉን፣ ኣምላኽ ቃል ንሥጋ ምስተዋሓደ ንዘለዓለም ካብኡ ከይተፈልየ ጠመየ ጸምኣ። ብባህርየ መለኮቱ ግና ሞት የብሉን። ንሱ ግና ሥጋ ካብኡ ከይተፈልየ ሓመመ። ሥጋ ውን እትፈልዮን እትዛረብን ነፍሲ ዘለዎ ፍጹም እዩ። እቲ ንሥጋ ዝግባእ ኵሉ ንእኡ ተገብኦ ።'
፲፰ ወአመሂ ነበረ ይገብር ተአምራተ ኢኮነ ሥጋ ፍሉጠ እምኔሁ ወባሕቱ ኮነ ይትጌበር ኵሉ ምግባራቲሁ ዘትሰብእትሂ ወዘመለኮትሂ በኀዱ ህላዌ ወኀዱ አካል ወበዝንቱ ኮነ ይፈጽም ኵሎ ምግባራተ በተዋሕዶ ዘኢይትነ ገር በከመ ገብረ በሐማተ ጴጥሮስ ወበዕ ውርሂ ወበዘለምጽ ወከማሁ በአልዓዛርሂ ኮነ ዝንቱ ኵሉ በገሚሠ እድ ወበወሪቀ ምራቅሂ ወነቢበ ልሳን ወዝንቱ ያጤይቅ ተዋሕዶተ መለኮት በሥጋ ወበኀዱ ሥልጣን ወአሐቲ መንግሥት ወበኀዱ ፈቃድ ወበአሐቲ ሥምረት ይፈጽም ኵሎ ተአምራተ ወይትዌከፍ ዓዲ ሕማማተ እስመ ሥጋ ሎቱ ውእቱ። ማር ፩:፳፱ - ፴ ። የሐ ፱፥፩-፵ ፤ ፲፩፥፵፫ ።	18. ተኣምራት ኣብ ዝገብረሉ ጊዜ ውን ሥጋ ካብኡ ኣይተፈለየን። እኳ ደኣ ኵሉ እቲ ሥራሕ ኣምላኽነትን ሰብነትን ቡቲ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ዝኾነ ብእኡ ይሥራሕ ነበረ፣ በዚ ውን ብዘይንገር ተዋሕዶ ኵሉ ሥራሕ ይፍጽም ነበረ። ከምቲ ኣብ ሓማት ጴጥሮስ፡ ኣብቲ ዕዉር፡ ኣብቲ ለምጻም፡ ከምኡ ውን ኣብ ኣልዓዛር ዝገበሮ እዩ። እዚ ኾኑ ብኢድ ብምድጋሚ፡ ጥፉጣፍ ጡፍ ብምባል፡ ብቓል ውን ብምዝራብ ተገብረ። እዚ መለኮት ንሥጋ ከም ዝተዋሓደ የረድኣ። ብሓደ ሥልጣን፡ ብሓንቲ መንግሥት፡ ብሓደ ፍቓድ፡ ብሓንቲ ፍታው ንኾኑ ተኣምራት ይገብር። ንኾኑ መከራ ውን ይቕበል፡ ምኽንያቱ ሥጋ ገንዘቡ እዩ ። ማር. 1፡29-40 ። ዮሓ. 9፡1-8 ፣ 11፡43 ።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬	ዘዮሐንስ ም፡ 114
፲፱ ወይእዜኒ ኢይደሉ ይክፍልዎ ለኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ ወኢያስተርአየ በምትሐት ሕሰው ወኢበመለኮት ዘኢይትገሠሥ ወባሕቱ እስመ ዝንቱ ብርሃናዊ መምህር ዐቢይ ቁርሎስ ይቤ እመቦ ዘይፈልጦ ለአማኑኤል አምላክነ ለኀበ ፪ቱ እምድኅረ ተዋሕዶ አው ዘይሔሊ ሕማማተ ለመለኮት እንከሰ ፈርሀ ኀበ ዘአልቦቱ ፍርሃት ወበእንተ ዝንቱ ይፈሰዩ ሰግደቶሙ ለሰብእ ሶበ ይከፍልዎ ለአምላክ ቃል ይከውኑ ከመ አይሁድ ዐላውያን ወንሕነሰ ክርስቶሳውያን ህልዋን ላዕለ ዐቅምነ ወነሐውር ላዕለ ፍኖት ርትዕት ወንተሉ አሠረ አበው ብፁዓን ወንትአመን በእግዚአብሔር ቃል በተዋሕዶ እንበለ ፍልጠት ወነአምን ዓዲ ከመ ለሊሁ ሐመ በሥጋ በእንቲአነ።	19. ድኅሪ ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ክከፍልዎ ኣይግባእን። መሲልካ ብምርኣይ ኮነ ቡቲ ዘይድኅሥሥ መለኮት ኣይተገልጸን። ነገር ግና እዚ ፈላጥ ዐቢይ መምህር ቁርሎስ፡ 'ድኅሪ ተዋሕዶ ንፈጣሪና ኣማኑኤል ናብ ክልተ ዝኸፍል ወይ ድማ ሕማም ንመለኮት ሂቡ ዝዛረብ እንተሎ፡ እምበኣር እቲ ክፍርህ ዘይግብኦ ፈርሀ። ስለዚ ድማ ንኣምላኽ ቃል ካብ ከፈልዎ፡ እቲ ስግደቶም ንፍጡራን ይገብርዎ። ከምቶም ኩሓድያን ኣይሁድ ውን ይኾኑ' በለ። ንሕና ክርስቶሳውያን ግና ቡቲ ዝተወሰነልና ሃይማኖት ጸኒዕና ንነብር፣ በታ ቅንዕቲ መንገዲ ውን ንኸይድ፣ ኣሠር እቶም ብፁዓን ኣቦታትና ኸኣ ንስዕብ። ከይተፈለየ ብተዋሕዶ ከምዘሎ ውን ብእግዚአብሔር ቃል ንኣምን። ከምኡ ኸኣ ንሱ ስሌና ብሥጋ ከም ዝሓመመ ንኣምን ።።
፳ ወአግናዋዮስኒ ለባሴ አምላክ ይቤ በመልእክቱ ሊተሰ ይደልወኒ ከመ እትመሰሎ በከመ ሕማማቲሁ ለአምላኪየ ወቅዱሰኒ ባስልዮስ ዐምደ ቤተ ክርስቲያን ይቤ በድርሳኑ ዘነበበ ባቲ በእንተ ኢየሉጣ ሰማዕት ከመዝ ይቤ በእንቲአነ ኮነ አምላክ ሰብአ ወአንሶሰወ ማእከለ ሰብእ ወግፋዕ ምስለ ግፋዑን ወዘንተ ኮሎ ገብረ ከመ ያድኅን ፂውዋነ ወይኩን ረዳኤ ለእለ አልቦሙ ረድኤት ወዘአልቦቱ ቀዲሙ ሥጋ ተሰቅለ ይእዜ በለበሰ ሥጋ ወሕይወት ጥዕመ ሞተ በሥጋ ውበርሃን ቦአ ውስተ ሲኦል ወዘንቱ ኮሉ በእንተ ድቀቱ ለአዳም ወለዘርኡ።	20. እቲ እግዚአብሔር ዝኃደሮ ኣግናዋዮስ ውን ኣብ መልእኽቱ፡ 'ንኣይ፡ ንፈጣርየይ ብመከራኡ ክመስሎ ይግብኣኒ እዩ' በለ። ዓምደ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ባስልዮስ ውን ኣብቲ ብዛዕባ ሰማዕት ኢየሉጣ ዝተነገረሉ ድርሳኑ፡ 'ኣምላኽ ምእንታና ሰብ ኮነ፣ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ተመላለሰ፣ ምስቶም ግፋዓት ውን ግፋዕ ኮነ፣ ኮቶም ዝተጐድኡ ንከድኅንን ረዳኢ ዘይብሎም ረዳኢ ንክኸውንን ነዚ ኹሉ ገበረ። ቅድም ሥጋ ዘይነበሮ ሕጂ ሥጋ ተዋሓደ። ተሰቐለ፡ እቲ ሕይወት ንሱ ብሥጋ ሞተ፣ እቲ ብርሃን ንሱ ናብ ሲኣል ወረደ። እዚ ኹሉ ዝኾነ ብሰንኪ ውድቀት ኣዳምን ደቁን እዩ' በለ።
፳፩ ወንርንርዮስኒ ዘሀገረ እንዚናዙ ይቤ በመልእክቱ ዘፈነዋ ኀበ አቅላንድዮስ እመቦ ዘኢይሰግድ ለዘተሰቅለ ውጉዘ ለይኩን ወይኩን ጐሉቀ ምስለ እለ ሰቀልዎ ውብዙኃንሂ ዓዲ እምመምህራን ጎሩያን እለ ነበቡ ፩ደ ቃለ በእንተ እግዚአብሔር ቃል ጎደግነ በአኅጽሮ ወኢዘከርነ ዘዘከርዎ ወመፍቅድነሰ ዘኮነ ወእምኔሆሙ አዘክሮተ ቃሉ ለሳዊሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሠርዐ ሃይማኖተ አርቶዶክሳዌ ይቤ ከመዝ ኢትክፍሎ ለእግዚአብሔር ቃል እምሥጋ ወኢታእትዖ ለሥጋሂ በባሕቲቱ ወኢትረስዮ ዕሩቀ እመለኮት ወዳእሙ አምላክ ቃል ተሠገወ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ።	21. ንርንርዮስ ዘእንዚናዙ ውን ኣብቲ ናብ ኣቅላንድዮስ ዝለኣኾ መልእኽቱ፡ ነቲ እተሰቕለ ዘይሰግድ እንተሎ ውጉዝ ይኹን፣ ምስቶም ዝሰቐልዎ ውን ይቁጸር።' በለ። ከምኡ ውን ካብቶም ምሩጻት መምህራን ሓቢሮም ብዛዕባ እግዚአብሔር ቃል ዝተዛረቡ ብዙኃት እዮም። ዘረባና ኣሕዚርና ገደፍናዮ። ነቲ ኮሉ ዝበልዎ ኣይጠቐስናዮን። ናትና ድላይሲ ንሓደ ካብኦም ነቲ ኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ዝሠርዐ ሊቀ ጳጳሳት ሳዊሮስ ዝበሎ ምዋቃስ ኮነ። ከምዚ እናበልካ ንእግዚአብሔር ቃል ካብ ሥጋኡ ኣይትፍለዮ፣ ንሥጋ ውን ከምኡ ንብይኑ ፈሊኻ ኣምላኽነት ዘይብሉ ኣይትግበሮ። እኳ ደኣ ኣምላኽ ቃል ብዘይምልዋጥን ብዘይምፍላይን ሰብ ኮነ ኢልካ እመን።' በለ ።።

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬

፷፪ ዛቲ ይእቲ ሃይማኖት ርትዕት ለቡ ይእዜ እስመ አምላክ ዘኢይትገሠሥ ሐመ በሥጋ ዘይትገሠሥ ወቦቱ ጥዕመ ሞተ ከመ ያድኅነነ ሎቱ ስብሐት እስከ ለዓለመ ዓለም አሜን።

ክፍል ፫

፷፫ እመልእክተ ሲኖዲቆን ዘአባ ዮሐንስ ሊቀ ጳጳሳት ዘአንጾኪያ ዘተፈነወ ኀበ አባ አክርስቶ ዶሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ውስተ እደ አባ ጢሞቴዎስ ጳጳስ ዘቤተ መቅደስ ዘተነበት በመዐልቃ ወአቡ ሻርገሥ በወርኀ የካቲት በ፮ቱ፻፹ወ፪ቱ ዓመት እምዓመተ ሰማዕታት ንጹሐን ንሕነሰ ርቱዐነ ሃይማኖት ነአምን ወንትአመን ከመ ወልድ ቀዳማዊ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወዘአኮ ፍጡር ዘተፈጥረ አምላክ ዘእምአምላክ እግዚአብሔር ቃል ዘዕሩይ በመለኮቱ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ውተሠገወ በሥጋ ዘከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት እንዘ ኢየዐርቅ እምህላዌ መለኮቱ።

፷፬ ወሥጋሂ ዘተዋሐደ ቦቱ ኢተፈልጠ ለግሙራ ወኢምንትኒ እምኔሁ ወነዋ አስተዋሐደ ህላዌ መለኮቱ በኢተፈልጦ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት ፍጹማን አኮ ከመ አስማት ዘቦአ ላዕሌሆሙ አላ ፭ዱ ውእቱ አማኑኤል አምላክነ ዘነአምሮ ወነአምን ቦቱ ፭ደ አካለ ወ፭ደ እግዚአ ወ፭ደ ገጸ ዘበአማን ወ፭ደ ህላዌ ቃል ዘተሠገወ እንበለ ተፈልጦ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሐደ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወይትዐዶ እምልቡና እንለ እመሕያው ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ ወእምድኅረ ተዋሕዶ ዘያዴምም አልባበ ወኢይረክቦ ሕሊና ሰብእ ዕፁብ ወመድምም ወመንክር ውእቱ መዋኤ ልቡና ወንባቡ።

፷፭ ወዓዲ ናርሕቅ ጐልቋተ ዘህላዌ መለኮት ወንፍልጥ አካላተ በበይናቲሆሙ ወንዕቀብ ተዋሕዶተ መለኮት እንተ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ እንዘ ኢይርሕቅ እምኵሉ ሥርዓታቲነ ውእቱሰ ኢይትዌለጥ ወለሊሁ ህልው በህላዌ መለኮት ወሐመ በፈቃዱ በሥጋ

ዘዮሐንስ ም፡ 114

22. እታ ቅንዕቲ ሃይማኖት እዚኣ እያ። እቲ ዘይድኅሥሥ ኣምላኽ ብዝድኅሥሥ ሥጋ ከምዝሓመመ፣ ንክድኅነና ውን ብሥጋ ከምዝሞተ ሎሚ ፍለጥ። ንዘለዓለም ክብሪ ምስጋና ይብጽሓኖ፡ ኣሜን።

ክፍሊ 3

23. እዚ ካብ መልእኽቲ ናይ ኣንጾኪያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ዮሓንስ፡ ብኢድ ናይ ቤተ መቅደስ ጳጳስ ዝነበረ ጢሞቴዎስ ናብ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ኣክርስቶደሎስ ዝተላእከት፣ ኣብ ወርኂ የካቲት 782 ዓመት ካብ ንጹሓን ሰማዕታት መከራ ዝተቐበሉ ዓመት። ኣብ መዓልቃን ኣቡሻርገሥን እቲ ሊቀ ጳጳሳት ምስ ኣርድእቱ ኣብ ዝተረኽበሉ ካብ ዝተነበት መልእኽቲ እዩ። ቅኑዕ ዝሃይማኖትና ንሕና ግና፣ ንሱ ዝተፈጥረ ፍጡር ዘይኮነ ካብ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ማዕረ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ቀዳማዊ ወልድ ምእንታናን ንኣና ንምድኃንን ካብ ሰማያት ወሪዱ ካብ ባህርየ መለኮቱ ከይተፈልየ ለባዊትን ነባቢትን ነፍሲ ዘለዎ ከም ናትና ዝበለ ሥጋ ከምዝተወሓደ ፍጹም ንኣምን ኢና።

24. እቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ውን ፈጺሙ ካብኡ ኣይተፈልየን። ናብ ክልተ ባህርያትን ናብ ክልተ ኣካላትን እንከይፈለየ እንሆ ባህርየ መለኮቱ ምስ ሥጋ ኣዋሓደ። እዚኣቶም ድማ ፍጹማን ዝኾኑ መለኮትን ትስብእትን እዮም። ከምቲ ደጋር ዝተጻውዓሎም ኣስማት ኣይኮኑን። እኳ ደኣ እቲ እንፈልጦ ፈጣሪና ኣማኑኤል ሓደ እዩ። ድኅሪ እቲ ከይተለወጠን ከይተኸፍለን ከምኡ ውን ካብ ልቢ ሰብ ዝረሓቐ ዘይምርመር ተዋሕዶ ድኅሪ ምዋሓዱ፡ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካላት እንከይተፈልየ ሰብ ዝኾነ ቃል ሓደ ባህርይ፡ ብሓቂ ሓደ ገጽ፡ ሓደ ጐይታን ሓደ ኣካልን ከምዝኾነ ብእኡ ንኣምን። ድኅሪ እቲ ንልቢ ዘደንቕን ብሕሊና ሰብ ዘይምርመርን ተዋሕዶ ግና ዕፁብ ድንቂ ፍጹም ግሩም እዩ። ልዕሊ ብልቢ ምምርማርን ብልሳን ምዝራብን እዩ ።

25. ከምኡ ውን 'ባህርየ መለኮት ዝተፈላለየ እዩ' ምባል ፈጺምና ነርሕቕ። ንኣካላት ግና ቡብርእሶም ፈሊና ንፍለጦም። ነቲ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ዝገበሮ ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ውን ንሓሉ። ካብ ኵሉ ሥራሕና እንከይረሓቀ፡ ብዘይ በይና ኃጢኣት ብኵሉ ሥራሕ መሰለና። ብባህርየ መለኮቱ ጸኒዑ ይነብር እምበር ንሱስ ኣይልወጥን እዩ። ብግዲ ዘይኮነስ

ዘዮሐንስ ም፡ ፻፲፬	ዘዮሐንስ ም፡ 114
ዘነሥአ እምኔነ ወአኮ በከርሀ ርኅበ ወጸምአ ደክመ እምሐዊረ ፍኖት ተጸፍዐ ውተቀሥፈ ውተቀነወ እደዊሁ ወእገሪሁ ዲበ ዕፀ መስቀል ክቡር በደሙ ወሀቤ ሕይወት ወለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ዘኢሐማሚ ወኢመዋቲ ሐመ በሥጋ ሐማሚ ወመዋቲ።	ብፍቓዱ በቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ ጠመየ ጸምኡ፡ መንገዲ ብምኻድ ደኸመ፡ ብጽፍዒት ተወቒዐ፡ ተገርፈ፡ ድኅነት ብዝዕድል ብደሙ ኣብ ክቡር መስቀል ኢዱን እግሩን ተሸንከረ፡ ሕማም ኮነ ሞት ዘይብሉ ንሱ እግዚኣብሔር ቃል በቲ ሓማምን መዋትን ሥጋ ሓመመ ።
፳፮ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወፈጣሬ ዓለም ወእፎኑ ኮነ ይደሉ ይሕምም እመ መጽአ በካልእ አርአያ ኀበ ሕማምነ ወድካምነ እመ ኢተሠገወ በሥጋ ዘከማነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ነአምር ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ ወኢሐመ በመለኮት ወለሊሁ አምላክ ዘበአማን እምቅድመ ይሠግ ወእምድኅረ ተሠገወሂ ወእንበይነ ዝንቱ ንትሜካሕ በእግዚአብሔር በእንተ ዘአግዐዘነ እምቅኔ ሞት መሪር መጽአ ወአድኀነነ እምእደ አጽራር ዘውእቶሙ ሰይጣን ወሞት ወኢሐመ በምትሐት ዳእሙ ሐመ እሙነ ዘበአማን።	26. እቲ ንዓለም ዝፈጠረን ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረን ንሱ ናብቲ ሕማምናን ድኻምናን ብኻልእ መልክዕ ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ፡ ነቲ እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ከማና ሥጋ እንተዘይዋሓድ ነይሩ ከመይ ኢሉ ምሓመመ ነይሩ፤ ንሱ ብሥጋ ከምዝሓመመ ብመለኮት ግና ከምዘይሓመመ ንፈልጥ ኢና። ንሱ ቅድሚ ሰብ ምኽኑን ድኅሪ ሰብ ምኽኑን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ኸኣ ካብ መግዛእቲ መሪር ሞት ናፃ ስለዝገበረና፡ ከምኡ ውን ካብ ኢድ ጸላእትና ማለት ሰይጣንን ሞትን ስለዘድኃነና ብእግዚኣብሔር ንምካሕ ኣሎና። ንሱ እቲ ሰብ ዝኾነ ብሓቂ ሓመመ እምበር ብሓሶት ኣይሓመመን።
፳፯ ዝንቱ እምከርሠ እሙ እግዝእትነ ማርያም ድንግል እሙነ ተዋሐደ በሥጋ ሐማሚ ዘኢየሐምም ሐመ ወዘኢይመውት ጥዕመ ሞተ በፈቃዱ ሶበሰ አመነ ካልአ እምዝንቱ እምኢኮነ ግዑዛነ እምሕማም ወእማእሠረ ሞት ከመ ነኪራን ወርሑቃን እምጽድቀ ትንሣኤ ወክርስቶስ ተመሰለነ በከኦሉ ሕማምነ።	27. ንሱ ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ እመቤትና ድንግል ማርያም ሓማሚ ሥጋ ተዋሓደ። እቲ ዘይሓምም ሓመመ፣ እቲ ዘይመውት ብፍቓዱ ሞተ። ካብዚ ኃሊፍና ካልእ እንተ ንኣምንሲ ከምቶም ካብ ሓቀኛ ትንሣኤ ዝተፈልዩ ከምቶም ካልኦት ካብ ኣርዑት ሞትን ሕማምን ናፃ ኣይምኾንናን ነይርና። ክርስቶስ ግና ብኹሉ መከራና መሰለና ።
፳፰ ወበእንተ ዝንቱ ተንሥአ እሙነ እሙታን ወሰበረ ኃይሎ ለጸላኢ ከመ ቃለ ሐዋርያ ዘይትናገር በጥቡበ ወይቤ እስመ ደቂቅ ተሳተፍዎሙ በሥጋ ወደምወውእቱኒ በዝንቱ ፍኖት ወበዝንቱ አምሳል ተመሰለ ከመ ያብጥል በሞቱ ሥልጣነ ሞት ዘውእቱ ሰይጣን ኢነሥአ እመላእክት ዘነሥአ እምኔነ አላ ነሥአ እምዘርአ አብርሃም ዘይትዔረየነ በከኦሉ ግብር ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወዝንቱ ወእምእግዝእትነ ድንግል በከኦሉ ጊዜ ወላዲተ አምላክ ማርያም ነሥአ ሎቱ እምኔሃ ሥጋ አምላክ ቃል ወልድ ዋሕድ ከመ ይትወከፍ ቦቱ ሕማማተ ሰብአዊ በፈቃዱ እንዘ አልቦ ዘያጌብሮ ወገብረ ሥርዓተ መለኮታዊ ወምግባረ ሰብአዊ ወከነ ይኑብ ዘይደሉ ለመለኮቱ ወለትሰብእቱ እንበለ ተፈልጦ።	28. ስለዚ ድማ ብሓቂ ካብ ሞት ተፈልዩ ተንሥኣ። ንሥልጣን ጸላኢ ዲያብሎስ ኣጥፍኡ። እቶም ውሉድ ሥጋን ደምን ብምኾን መስልዎ። ንሱ ድማ ነቲ ሰይጣን ዝተባህለ ሥልጣን ሞት ብሞቱ ምእንቲ ከጥፍእ በዚ ሥራሕ እዚን በዚ መገዲ እዝን መሰለና።' ክብል እቲ ብጥበብ ዝዛረብ ሓዋርያ ከምዝተዛረቦ እዩ። ነቲ ካባና ዝወሰዶ ካብ መላእኽቲ ኣይወሰዶን፣ እኳ ደኣ እትናገርን እትፈልጥን ነፍሲ ዘለዎ ብኹሉ ሥራሕ ንኣና ዝመስል ሥጋ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ወሰደ። እዚ ድማ ካብታ ኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት ወላዲት ኣምላኽ እመቤትና ማርያም ዝተረኽበ እዩ። ዘገደዶ ዘይብሉ ብፍቓዱ ናይ ሰብ መከራ ምእንቲ ክቕበል፡ ወልድ ዋሕድ ኣምላክ ቃል ካብኣ ሥጋ ወሰደ። መለኮታዊ ሥርዓትን ሰብኣዊ ግብርን ፈጸመ። እንከይፈለየ ንኣምላኽነቱን ሰብነቱን ዝግባእ ይዛረብ ነበረ ።

ዘዮሐንስ ም፥ ፻፲፬ ፡ ዘሐቢብ ም፡ ፻፲፭

፳፱ ወአኮ በእንተ ምግባራት ወተናግሮ ወገቢረ ተአምራት ወኃይላት ዘኮነ እምኔሁ ወሚመ በእንተ ሕማማት ዘቦአ ላዕሌሁ ወድካማት ዘተወክፎሙ በእንቲአነ ዘንበውእ ለከፊለ ህላዌያት እምትሰብእት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ወበእንተ ዝንቱ ኢንከፍል ቃላተ ወሕማማተ በዘሐመ ቦቱ እግዚእነ እስመ ሎቱ እሙነ በኢተፈልጦ ወተአምራት ወመንክራት ዘይደሉ ለመለኮቱ ወሕማም ወመዊት ዘይደሉ ለህላዌ ትሰብእቱ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፲፭ ክፍል ፩

፩ ይቤ ሐቢብ ዘውእቱ ፍቁር ኤጲስ ቆጶስ ዘሀገረ ተክሪት ወወይከኒ ወአበራኅ በውስተ መልእክቱ ኀበ ቤተ ክርስቲያን እለ ሀለው በደቡብ ወበምዕራብ እስመ እግዚአብሔርሰ ፩ጹ ውእቱ በህላዌሁ እንዘ ፩ጹ ፫ቱ ወእንዘ ፫ቱ ፩ጹ ወ፩ጹ ዘእምቅድስት ሥላሴ ወልድ ቃለ እግዚአብሔር ጥበቡ ወጸዳለ ብርሃኑ አመ አልጸቀ ዘመን ወረደ እምሰማይ በሥምረተ አቡሁ ወበፈቃደ ርእሱ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ነሥአ እምኔሃ ሥጋ ወአስተርአየ ቦቱ ማዕከሌነ ተፈጸመ ቃለ ነቢያት ውስቴቱ ወተነብዮቶሙ በእንቲአሁ።

፪ ወሥጋ ዘነሥአ እምኔሃ አኮ በምትሐት ወአኮ በተዐርቆ እምኔሁ ዘከመ ይብሉ ሰብእ ለሑታን ወባሕቱ ነሥአ ሥጋ ፍጹመ ውእቱ በከመ መህረነ መምህረ ጽድቅ ዮሐንስ ወንጌላዊ ኀበ ይብል በጥንተ መጽሐፉ ቃል ሥጋ ኮነ ወኃደረ ላዕሌነ ወርኢነ ሰብሐቲሁ ከመ ሰብሐተ ፩ጹ ዋሕድ ለአቡሁ ። ዮሐ ፩:፲፬ ።

ክፍል ፪

፫ ወካዕበ ይቤ በዝንቱ ድርሳን እምድኅረ ኀዳጥ እስመ ክርስቶስሰ መንጦላዕተ መለኮት ዘውእቱ ሥጋሁ ዘነሥአ እምኔነ።

ክፍል ፫

፬ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ ሣልሲት እም፫ቱ መልእክታት ዘተናገረ ባቲ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ወትሥጉት ንሕነሰ ተናገርነ በክልእ መካን እምዝንቱ መጽሐፍ እስመ ክርስቶስ አምላክነ ሎቱ

ዘዮሐንስ ም፥ 114 ፡ ዘሐቢብ ም፥ 115

29. ነቲ ብእኡ ዝተፈጸመ ተኣምራትን፡ ዝተገብረ ግሩም ግብርን ኣዛራርባኡን ሥራሑን ወይ ውን ብእኡ ዝተፈጸመ ሕማማትን ምእንታና ዝተቐበሎም ድኻማትን ምኽንያት ጌርና፥ ድኅሪ እቲ ዘይንገርን ዘይምርመርን ተዋሕዶ ንባህርያት ናብ ምኽፋል ንመለኮት ካብ ትሰብእት ናብ ምፍላይ ንክንኣቱ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ነቲ ጉይታና ዝተቐበሎ መከራን ዝተናገሮ ቃል ኣይንከፈልን። ምኽንያቱ ዋላ ውን ንመለኮት ዝግባእ ገቢረ ተኣምራትን ዓበይቲ ሥራሓትን፡ ንባህርየ ሥጋ ዝግባእ ድማ ሕማምን ሞትን እንተኾነ ብዘይምፍላይ ግና ብሓቂ ናቱ ገንዘብ እዮም።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 115 ክፍሊ 1

1. ናይ ተክሪትን ወይከኒን ኣበራኣን ኤጲስቆጶስ ዝኾነ ሓቢብ ማለት ‘ፍቁር’ ናብቶም ኣብ ደቡብን ምዕራብን ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ‘እግዚኣብሔርሲ ብባህሪኡ ሓደ እዩ። ሓደ እንከሎ ሠለስቱ፡ ሠለስቱ እንከሎ ድማ ሓደ እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ኃይሉ ጥበቡ ናይ ባህሪኡ መፈለጥታ፡ ካብ ሠለስቱ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ወልድ ጊዚኡ ምስ ኣኽለ፥ ብፍቓድ ኣቦኡን ብናቱ ፍቓድን ካብ ሰማይ ወሪዱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋ ወሲዱ ሰብ ኮነ። ቤቲ ዝወሰዶ ሥጋ ውን ኣብ መንጎና ተጋህደ። ቃል ነቢያትን ብዛዕባኡ ዝተነበይዎን ብናቱ ሰብ ምኻን ተፈጸመ ።

2. ካብኣ ዝወሰዶ ሥጋ ግና ብሓሶት ብምትሓት ኣይኮነን።እቶም ከሓድቲ ከምዝብልዎ ውን ብጎድረት ኣይኮነን። እኳ ደኣ ንሱ ፍጹም ሥጋ ወሰደ። ከምቲ ናይ ሓቂ መምህር ወንጌላዊ ዮሓንስ ኣብቲ መጀመርታ መጽሓፉ፥‘ቃል ሥጋ ኮነ ኣባና ውን ኃደረ፣ክብሩ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ነቦኡ ዝኾነ ውሉድ ርእና’ ክብል ዝመሃረና እዩ። ዮሓ. 1፡14።

ክፍሊ 2

3. ከምኡ ውን በዚ ድርሳን እዚ ቁሩብ ጎልፍ ኢሉ፥ ‘ክርስቶስ ማለት መለኮት ተገሊጹ ርእና ማለት እዩ፡ እዚ ድማ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ እዩ ’ በለ።

ክፍሊ 3

4. ደጊሙ ኸኣ ኣብቲ ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴን ምሥጢረ ሥጋዌን ዝተዛረበሉ ሠለስተ መልእኽታት ኣብቲ ሣልሳይ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ ‘ኣምላኽና ክርስቶስ ክብሪ ይብጽሓዮ እሞ ሰብ ከምዝኾነ፡ ንሕና

ዘሐቢብ ም፡ ፻፲፭ ፡ ዘዘካርያስ ም፡ ፻፲፮

ሰብሐት ተንሥአ ወባሕቱ ተብህለ ሞተ በሥጋሁ ወአኮ በመለኮቱ ወሞቱሰ በሥጋሁ ተፈልጦተ ነፍሱ እምሥጋሁ ዘተፈጥረት ወመለኮትሰ ኢተፈልጠ እምነፍሱ ወኢእምሥጋሁ አላ ይትዋሐድ ዘልፈ ምስሌሆሙ በከመ ነገርነ ወንበ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፲፮ ክፍል ፩

፩ ይቤ አቡነ ዘካርያስ ይህያ ወልደ ዐደይ ወልደ ውዱስ ወልደ ዘካርያስ በመልእክቱ ጎበ አብ ወልድ ፍቁር አውሥአተ በእንተ ንስጥሮሳውያን ወሃይማኖትነሰ ለነ ለያዕቀባውያን በእንተ ትሰብእት እግዚአብሔር ቃል ለሊሁ ቃለ እግዚአብሔር ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ ቀዳማዊ ውእቱ ወረደ እምሰማይ ወተሠገወ ወተሰብአ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ንጽሕት ተወልደ ወተሰቅለ ለቤዛ ኵሉ እንለ እመሕያው ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን ወዐርገ ውስተ ሰማያት። ፩ቆሮ ፲፭፡፫-፭ ።

፪ ወፍካሬ ተሰብኦሰ ኮነ ሰብአ ፍጹመ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወነሥአ ሥጋ ዘይት ዔረየነ ለነ ለእንለ እመሕያው በዅሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ እንበለ ውላጤ ወኢተፋልሶ ህላዌ ወኢትድምርተ አካላት ወኢቱላሔያት ወባሕቱ ንሌብዎ ከመ ሀልዎተ ሥጋ ምስለ ነፍስ ወለሊሁ ፩ዱ ህላዌ ።

፫ ኮነ ሰብአ ወተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ፈጣሬ ኵሉ ወልደ እግዚአብሔር ቀዳማዊ ዘህልው ምስለ አቡሁ ወኮነ በግዐ በከርሠ ማርያም ድንግል ዘኢይትገሠሥ በመለኮቱ ተገሠ ይእዜ በለቢሰ ሥጋ በመንክር ግብር ዘይትሌዐል እምልቡና ወኢይረክቦ ሕሊና ተሠገወ ወተሰብአ ወቦቱ ሐመ ወሞተ ወመለኮቱሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ ወኢይረክቦ ተፋልሶ ወኢሚጠት ወለሊሁ አምላክ ፍጹም ወሰብእ ፍጹም ዓዲ ወበእንተ ዝንቱ ይደልዎ ይትበህል ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ አካለ ወ፩ደ ገጸ ።

፬ እምድኅረ ተዋሕዶሰ ኢይትበህል ፪ቱ ህላዌያተ ወኢ፪ቱ አካላተ ፍሉጣተ ወዝንቱሰ ፩ዱ ባሕርይ ውእቱ ዘንትአመን ቦቱ በላዕለ ክርስቶስ አምላክነ ወስመ ክርስቶሰሰ በጎበ ያዕቀባውያን ፩ዱ ህላዌ ውእቱ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ወከመዝ ውእቱ እምነቶሙ ለያዕቀባውያን ርቱዕነ ሃይማኖት ወሰብሐት ለእግዚአብሔር ለዓለመ ዓለም አሜን።

ዘሐቢብ ም፡ 115 ፡ ዘዘካርያስ ም፡ 116

አብዚ መጽሓፍዚ አብ ካልኡ አንቀጽ ተዛሪብና ኣሎና። እንተኾነ ግና ‘ብመለኮቱ ዘይኮነስ ብሥጋ ሞተ’ ተባሂሉ ተነግረ፣ ብሥጋኡ ሞተ ምባሉ ውን ነፍሱ ካብ ዝተፈጥረት ሥጋኡ ምፍላያ እዩ። ከምቲ ዝበልናዮ መለኮት ግና ምስ ሥጋን ነፍስን ተዋሒዱ ይነብር እምበር ካብ ሥጋኡን ነፍሱን ኣይተፈልየን ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 116 ክፍሊ 1

1. ክቡር ውሉድ ወዲ ዘካርያስ ወዲ ዐደይ ኣቦና ይህያ ዘካርያስ ብዛዕባ ንስጥሮሳውያን መልሲ ሂቡ ናብቲ ፍቁር ውሉድ ናብ ለዋህ ኣቦ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቲ፣ “ንሕና ያዕቀባውያን ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሰብ ምኻን እንኣምኖ ሃይማኖትና፣ ‘ቀዳማዊ ዝኾነ ወልደ እግዚኣብሔር እግዚኣብሔር ቃል ንሱ ካብ ሰማይ ወሪዱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰብ ኮነ’ ዝብል እዩ” በለ። ተወሊዱ ድማ በጃ ኵሉ ሰብ ኮይኑ ተሰቒለ ሓመመ ሞተ ተቐብረ ካብ ምዉታን ውን ተፈልዩ ተንሢኡ ናብ ሰማይ ዓረገ።1ይ ቆሮ. 15፡3-5 ።

2. ‘ሰብ ኮነ’ ማለት፣ ትርጉሙ እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ፍጹም ሰብ ኮነ ማለት እዩ። ናይ ባህርይ ምፍላስ ምልዋጥ እንከይሃለዎ፣ ኣብ ኣካላት ውን ምድብላቕን ምትሕውዋስን እንከይሃለዎ ብዘይ በይና ኃጢኣት ንኣና ዝመስል ሥጋ ወሰደ። ከምቲ ሥጋ ምስ ነፍሲ ሓደ ኮይኑ ዝነብር፣ ንሱ ድማ ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንፈልጦ ኢና ።

3. ንኾኑ ዝፈጠረ ምስ ኣቦኡ ብቕድምና ዝነበረ ወዲ እግዚኣብሔር ሰብ ኮይኑ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ። መሥዋዕቲ ንሱ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃደረ። ብመለኮቱ ዘይድኅሥሥ ዝነበረ ሎሚ ሥጋ ለቢሱ ተዳኅሠሠ። ቡቲ ልዕሊ ምርምር ልቡና ዝኾነ ሕሊና ዘይምርምሮ ግሩም ተዋሕዶ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። ብሥጋ ሓመመን ሞተን፣ መለኮቱ ግና ዘይሓምምን ዘይመውትን እዩ። ምልዋጥ ኮነ ምፍላስ የብሉን። ንሱ ፍጹም ኣምላኽ፣ ንሱ ፍጹም ሰብ እዩ። ስለዚ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ክበሃል ይግባእ።


4. ድኅሪ ተዋሕዶ ግና ዝተፈላለዩ ክልተ ባህርያት ክልተ ኣካላት ኣይበሃልን እዩ። ብፈጣሪና ክርስቶስ እንኣምኖ እምነት እዚ ‘ሓደ ባህርይ’ ምባል እዩ። ብያዕቀባውያን ‘ክርስቶስ’ ማለት ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ምባል እዩ ። ናይቶም ርቱዓነ ሃይማኖት ያዕቀባውያን እምነት ከምዚ ዝብል እዩ። ንእግዚኣብሔር ምስጋና ይብጽሓዮ ንዘለዓለም ኣሜን።

ዘዮሐንስ ምዕ. 90:2-17

“ ኣብርሃም ሠለስተ ሰብኣይ ብሓደ ጐይትነት ርእዩ እዩ እሞ . . .



. . . እዞም ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ሓደ ዝኾኑ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ እዮም። ሓደ ኣምላኽ እዩ፡ ሓደ መለኮት እዩ፡ ሓደ ባህርይ እዩ። ብምዝራብን ብምፍጣርን ሓደ እዩ። ንሕና ሕዝበ ክርስቲያን ኣሚንና እንሰግደሉን እነመስግኖን ንሱ ሓደ ኣምላኽ እዩ። ከመይ ናይዚ ሓደ ኣምላኽ ዝኾነ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን መለኮት ባህርይ ሓደ እዩ። እዛ ትምህርቲ እዚኣ ውን ካብ ኣቦታትና ተረኺባ ፡ ኣባና ድማ ጸኒዓ ትነብር ኣላ። ”



“ ሓደ ሰብ እኳ፥ ከመይ ኢሉ ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም እዚ ብምትሓት ተራእየ ይብል፤ ኣብ ቤተልሔም ዝተወልደ ንሱ እዩ። ኣብ ሻምናይ መዓልቲ ንኽግዘር ዝመጸ፣ ስምዖን ብቐልጽሙ ዝሓቈፎ፣ ንኣዝማዱ ዘገልገለን ንወገናቱ ዝተኣዘዘን፣ ኣብ ፈለገ ዮርዳኖስ ዝተጠመቐ፣ ኣብ መስቀል ብቅንዋት ዝተሸንከረን ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥኣን ንሱ እዩ። ሉቃ. 2፡1-11። 22፡28-52። ማር. 1፡2። ዮሓ. 2፡25 ።

ቃለ ግዝት 117፡3

ቃለ ግዘት ም. 117

ምዕራፍ ፻፲፯ ክፍል ፩

፩ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ አምላክ ፲ቱወ፪ቱ ክፍል እንተ ዘቅዱስ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት ዘተናገረ በእንተ ትሥጉተ ክርስቶስ በጸጋ እግዚአብሔር ይደልወነ ከመ ንእመን በእንተ ትሥጉቱ ወተሰብአቱ ለወልደ እግዚአብሔር ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ።

፪ ወወጠኑ ዜንዎተነ አራት ወነቢያት ወኮኑ ሰምዐ ወሐዋርያትኒ ሰበኩ ከመ ውእቱ እግዚአብሔር አስተርአየ በአማን እንዘ ይነብብ ወይጌሥፅ ቀዳማዊ ቃል እመቦ ዘይብል አው ዘይሔሊ ወይትዐቀፍ በዘአስተርአየ ክርስቶስ በውስተ ዓለም ወኢየአምን ከመ ክርስቶስ አስተርአየ በሥጋ ወነሥአ እምኔነ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን። ዘዳግ ፲፰፡፲፰ ። መዝ ፻፲፰(፻፲፯)፡፳፯ ። ሮሜ ፫፡፳፪ ። ፩ጢሞ ፫፡፲፮።

፫ ፍካሬ ወእፎኑ ይብል ፩ዱ ከመ ክርስቶስ አስተርአየ በውስተ ዓለም አስተርእዮተ ምትሐታዌ ዝኩ ዘተወልደ በቤተልሔም ወሶበ ተፈጸመ ሰሙን መዋዕል መጽአ ለተገዝሮ ወተጸውረ ላዕለ መዝራዕተ ስምዖን ወገረረ ለአዝማዲሁ ወገነየ ለሰብኡ ወተጠምቀ በፈለገ ዮርዳኖስ ወተቀነወ በቅንዋት ዲበ ዕፀ መስቀል ወተንሥአ እሙታን በሣልስት ዕለት። ሉቃ ፪፡፩-፲፩ ። ፳፪፡፳፫-፶፪ ። ማር ፩፡፱ ። ዮሐ ፩፡፳፭ ።

፬ ወተብህለ በእንቲአሁ ከመ ለሊሁ ተህውከ በመንፈስ ወተከዘ በነፍሰ ወሐመ በሥጋ ወለዘንቱ ሕማም ከሠትዎ ወንጌላት ለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔሆሙ ወአግህድዎ ከመ ናእምር ሕማማቲሁ ለክርስቶስ ጽድቅተ ወፍጽምተ ወከመ ይትዐወቅ ዓዲ ከመ ብእሲ ተወልደ በውስተ ዓለም ወአስተርአየ ማእከለ ሰብእ ወተመሰሎሙ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወተወልደ በሥጋ በቤተ ልሔም ከመ አምላክ ወአእመርዎ መላእክት እምሰማይ ከመ ፈጣሪሆሙ ውእቱ ሰብሐዎ ወባረክዎ እንዘ ለሊሁ ጥበሉል በአጽርቅት ወሰኩብ በውስተ ጎል ወይብሉ ሰብሐት ለእግዚአብሔር በአርያም ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ።

፭ ወበናዝሬት ተሐፅነ ወአስተርአየ ከመ አምላክ በማዕከለ ግሡግን ወእሙንቱ ይትጌሠፁ ወያነክሩ እምተግሣፁ ወኢኮነ ዘመነ ብጽሐቱ ለተሠግዎ ጥንተ ዘመን ሎቱ አላ ለሊሁሰ

ቃለ ግዘት ም 117

ምዕራፍ 117 ክፍሊ 1

1. ሓደ ኣምላኽ ብዘኾነ ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣ ነቲ ብለውሃት **ኣብ** ዝተፈጸመ ናይ ክርስቶስ ሰብ ምኻን ዝተናገረን ተኣምራት ዝገበረን ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝጸሓፎ ዓሠርተ ክልተ ክፍሊ እዚ እዩ። ወዲ እግዚኣብሔር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ምኻኑ ክንኣምን ይግብኣና።

2. ብመጀመርታ ኣሪትን ነቢያትን ተዛረቡ፡ መሰከሩ። ሓዋርያት ድማ እግዚኣብሔር ብሓቂ ከምዝተገልጸ መሃሩ። እዚ ከኣ 'ቀዳማዊ ቃል ወንጌል እናመሃረ እዩ ኣብዚ ዓለም እዚ ዝተገልጸ፣ ንክርስቶስ ዝኽሕድ ኣይተገልጸን' ዝብል ከምዝተጻሕፈ፡ ክርስቶስ ካባና ብዝወሰዶ ሥጋ ከምዝተገልጸ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ዘዳ. 18፡15። መዝ. 118(117)፡27። ሮሜ 3፡22። 1ይ ጢሞ. 3፡16።

3. ትርጓሜ ሓደ ሰብ እኳ፡ ከመይ ኢሉ ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም እዚ ብምትሓት ተራእየ ይብል፧ ኣብ ቤተልሔም ዝተወልደ ንሱ እዩ። ኣብ ሻምናይ መዓልቲ ንኽግዘር ዝመጸ፣ ስምዖን ብቑልጽሙ ዝሓቖፎ፣ ንኣዝማዱ ዘገልገለን ንወገናቱ ዝተኣዘዘን፣ ኣብ ፈለገ ዮርዳኖስ ዝተጠመቐ፣ ኣብ መስቀል ብቅንዋት ዝተሸንከረን ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝተንሥኣን ንሱ እዩ። ሉቃ. 2፡1-11። 22፡28-52። ማር. 1፡2። ዮሓ. 2፡25 ።

4. ብዛዕባኡ ንሱ ብልቢ ከምዝተከዘን ብነፍሲ ከም ዝጎዘነን፣ ብሥጋ ከም ዝሓመመን ተነግረ። ነታ ርድኣቲ ፍጽምቲ ናይ ክርስቶስ ሕማሙ ምእንቲ ኽንፈልጥ፡ ነፍሲወከፍ ወንጌል ነዚ ሕማም'ዚ ገሊጾም ኣረድኡ። ከምኡ ውን ምእንቲ ኽፍለጥ፡ ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለም እዚ ተወልደ፡ ኣብ መንጮ ሰባት ተገልጸ፡ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ውን ብኹሉ ሥራሕ መሰሎም። ኣምላኽ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ቤተልሔም ብሥጋ ተወልደ። ኣብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ ኽሕ ፈጣሪኦም ከምዘኾነ ፈለጥዎ። ንሱ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ኣብ ደምበ ተደርብዩ ከሎ፡ 'ኣብ ሰማይ ንእግዚኣብሔር ምሲጋና ተገብኡ፡ ኣብ ምድሪ ውን ንሰብ ናፅነቱ ኽህቦ ዕርቂ ተጀመረ' እናበሉ ኣኽበርዎን ኣመስገንዎን።

5. ኣብ ናዝራት ዓበየ። ኣምላኽ ብምኻኑ ኣብ መንጮ እቶም ዝምህሮም ተገልጸ። ንሳቶም ውን ይመሃሩ፡ ቤቲ ትምህርቲ ድማ ይድነቑ ነበሩ። እቲ ሰብ ንምኻን ዝመጸሉ ዘመን ጥንቲ ምርካቡ ኣይኮነን።

ቃለ ግዘት ም ፻፲፯	ቃለ ግዘት ም 117
ብሉየ መዋዕል ውእቱ ተጠምቀ በዮርዳኖስ ወኢተጠምቀ ከመ ይኩን ንጹሐ አላ ዳእሙ ከመ የሀበነ ሱታፌ ንጽሕ ተመከረ በገዳም ዘኢይደልዎ መከራ አላ ዳእሙ ከመ ያመክረነ ለነ ወይክሥት ዘንተ በቅድመ ዘያሜክሮ ወባሕቱ ተግህደ ሎቱ ዝንቱ እሙነ በእንተ ዝንቱ ይቤ ጽንዑ እስመ አነ ሞዕክዎ ለዓለም ኢሥርዐ ቀትለ በመለኮቱ አላ ዳእሙ ከመ ያርኢ ትሰብእቶ ከመ ይእቲ ትከውን መዋዒተ በሕማም ወሞት ወሙስና።	ንሱስ ዘመን ዘይቀጸረሉ እየ። ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ፡ ብንጽሕና ሓደ ምኳን ንኽህበና እየ እምበር ኃጢኣት ነይርዎ ንክነጽሕ ኣይተጠምቀን። ኣርኣያ ንኽኮነናን ኣብ ቅድሚ እቲ ፈታኒ ነዚ ንኽገልጸን፣ ፈተና ዘይግበኦ ንሱ ኣብ ምድረ በዳ ተፈተነ። ዓወቱ ውን ብሓቂ ተፈልጠ። በዚ ድማ 'ኣነ ንዓለም ስዒረዮ እየ እሞ ጽንዑ፡ ተዓወቱ' በለ። እታ ሥጋኡ ሕማምን ሞትን ኃጢኣትን ከምእትሰዕር፡ ሰብ ከምዝኾነ ንኽረድእ እዩ እምበር ብኣምላኽነቱ ኣይተወግአን።
፮ ወበከመ ቦኡት ኃጢኣት ውስተ ዓለም በብእሲት ወበይእቲ ኃጢኣት ነግሠ ሞት ላዕለ ኵሉ እጓለ እመሕያው ከማሁኬ ዓዲ ይከውን አሰሰሎ ኃጢኣት እግዚአብሔር ቃል በለቢሱቱ ሥጋሃ ለእግዝእትነ ማርያም ሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወሞየ ለዘራኤ ኃጢኣት በሥጋሁ ወወደየ ውስተ ፃዕረ ደይን ወዘሂ ይዘርእ ዘርአ ኃጢኣት ወዘያሜክር ተመውዐ ወበጠለ ሞት በሞቱ ወቀጥቀጠ ጎይሎ ወሰለበ መንግሥቶ ወኢይነግሥ ዳግመ እምድኅረ ዝንቱ።	6. ከምቲ ብምኽንያት ሔዋን ኃጢኣት ኣብዚ ዓለም እዚ ከምዝኣተወት፡ በዛ ኃጢኣት እዚኣ ውን ሞት ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሰብ ከምዝነገሠ፣ ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ቃል ናይ እመቤትና ድንግል ማርያም ሥጋ ብምዋሓዱ ኃጢኣት ጠፍኣት። እዚ ሥጋ እዚ ካባና ዝወሰዶ እዩ። ነቲ ኃጢኣት ዝዘርእ ዲያብሎስ ብሥጋኡ ሰዓሮ። ናብቲ መከራ ዘለዎ ውን ኣእተዎ። እቲ ዘርኢ ኃጢኣት ዝዘርእን ዝፍትንን ዲያብሎስ ተሳዕረ። ሞት ውን ብሞቱ ጠፍኣ። ባርነቱ ኣጥፍኡ፡ መንግሥቱ ውን ገፈፈ። ብድኅር'ዚ ዳግማይ ሠልጢኑ ኣይኮነን እዩ።
፯ ወተጸርአ ሙስና በተገንዞ ሥጋሁ ወአስተርአየ በዘኮረ ትንሣኤ ወርእሰ ጽድቅሂ ሰበከ ውስተ ዓለም ሃይማኖተ ወሰበከ ለሰብእ መንግሥተ ሰማያት ወኮነ ማዕከለ ሰብእ ወማዕከለ እግዚአብሔር ሱታፌ ላዕለ ዝንቱ ሀበት ንሰብሐ ለአብ ዘመጠወ ወልዶ ዋሕደ ለሕይወተ ኵሉ ዓለም ወንሰብሖ ለወልድ ዋሕድ ዘመጠወ ነፍሶ ባሕቲቱ በእንተ መድኃኒትነ ወዓዲ ንሰብሖ ለመንፈስ ቅዱስ ዘይበውእ ውስቴትነ ወያሐይወነ ወይሁበነ ሀብታተ ተሳትፎ ምስለ እግዚአብሔር።	7. ሥጋኡ ስለዝተገንዘ ኸኣ ፈሪስካን በስቢስካን ምትራፉ ጠፍኡ። በኸሮ ትንሣኤ ኮይኑ ተገልጸ። መምህር ትሩፋት ኮይኑ ውን ኣብዚ ዓለም'ዚ ሃይማኖት መሃረ። ንሰብ ብዛዕባ መንግሥተ ሰማያት ኣስተምህረ። ውልድነት ንምሃብ ኣብ መንጉ ሰብን እግዚኣብሔርን ኣተዓራቂ ኮነ። ንኸኡ ሰብ ንምድኃን ነቲ ሓደ ወዱ ዝሃበ እቲ ነመስግኖ። ንኣና ንምድኃን በቲ ፍሉይ ኣካሉ ርእሱ ንሕማምን ሞትን ዝሃበ ወልድ ዋሕድ ውን ነመስግኖ። ከምኡ ውን ነቲ ኣባና ኃዲሩ ዘድኃነናን፡ ምስ እግዚኣብሔር ሓደ እንኾነሉ ሃብቲ ዝህበናን መንፈስ ቅዱስ ውን ነመስግኖ።
፰ ወኢንትነሥሥ ቃላተ ወንጌል በቃል ጽኑዕ ወተቃውሞ ወአዑዶተ ነገር ዘአልቦ ተግሣፅ ወንግድፍ እምኔነ ተቃውሞ ወለቃልሂ ልምሉም ወርቱዕ ዘበእንተ ሃይማኖት ይሬስይዎ ይቡስ ወጕጻጕጸ ወለሃይማኖት ርትዕት ይሬስይዎ ጠዋየ ወባሕቱ ንሕነሰ ንግበር ምግባረ አሚን ዘያመጽእ ሰላመ በዘያጸንዕ አልባበ እለ ተዋሐዱ ወዘየዐቅብ ተዋሕዶተ ወይዘርእ ፍቅረ ዘባቲ ነአኵቶ ለእግዚአብሔር።	8. ብነቓጽ ኣዘራርባ፡ ብጉነጻዊ ኣካይዳ፡ ዘየልቦ ነገር ብምቕናን ንቃል ወንጌል ኣይንመርምር። ክትዕ ውን ካባና ነርሕቕ። ንሳቶም ነቲ ብዛዕባ ሃይማኖት ዝተነግረ ቅኑዕን ልዙብን ቃል ነቓጽን መዐንቀፍን ይገብርዎ። ነታ ቀንዕቲ ሃይማኖት ውን ቂናን ይገብርዋ። ንሕና ግና ልቢ እቶም ብፍቕሪ ሓደ ዝኾኑ ሰባት ዘጽንዕ፡ ሰላም ዝመጽእን ሓድነት ዝዕቅብን ከምኡ ውን ንእግዚኣብሔር እነመስግነላ ፍቕሪ ዝዘርእ ግብሪ ሃይማኖት ንግበር።

ቃለ ግዘት ም ፻፲፯	ቃለ ግዘት ም 117
፱ ወከመ ኢይተከህል ለብዎተ አዝማናት ወመዋዕል ዘረሰዮሙ አብ ታሕተ ሥልጣኑ ለቡ እንከ ለአዝማናትሰ ቦሙ ፍጻሜ ወዝኒ አስተርእዮተ ዓለም ዘይመጽእ ወአስተርእዮተ ደይን ወምጽአተ ወልደ እግዚአብሔር ወፍዳ ኵሉ ለለ፩ዱ ፩ዱ በከመ ምግባሩ ወዓዲ አእምሮ ከመ ሀሎ ርስተ መንግሥተ እግዚአብሔር ወከማሁኬ ዓዲ ኢይደልወነ ናእምር ዘከመ እፎ ውእቱ ትስብእተ ወልደ እግዚአብሔር ወዘንቱሰ ዐቢይ ምሥጢር ውእቱ በከመ ጽሑፍ እሙነ በዝንቱ ወመኑ ዘይክል ይለቡ አው ይዝክር ዘንተ ግብረ ዕፁብ ወመድምመ እሰመ ትትአተት እምድር ሕይወቱ። ኢሳ ፶፫፥፰ ። ግብ ሐዋ ፩፥፯ ። ፰፥፴፫ ።	9. ከምቲ አብ ብሥልጣኑ ዝፈጠሮም ዕለታትን ዘመናትን መርሚርካ ምፍላጥ ዘይከኣል፣ እምበኣር ፍለጥ፥ ንዘመናትሲ ፍጻሜ ኣለዎም፡ እዚ ውን ናይቲ ዝመጽእ ዓለም ምግላጽ እዩ፡ ናይ ፍርዲ ምግላጽ እዩ፡ ናይ ክርስቶስ ምምጻእ እዩ፡ ኵሉ ነፍሲ ወከፍ ከከምግብሩ ዓስቡ ምቕባል እዩ። ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ብለውሃቱ ዘውርሶ መንግሥት ሰማያት ከምዘሎ ምፍላጥ እዩ። ከምቲ ዘመናት መርሚርካ ምፍላጥ ዘይከኣል ከምኡ ውን ወልደ እግዚኣብሔር ከመይ ኢሉ ሰብ ምኻኑ ኽንፈልጥ ኣይከኣልን እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተገሊጹ ከምዝተጻሕፈ፥ እዚ ረቂቕ ምሥጢር እዩ፡ዝረ ረቂቕ ግሩም ምሥጢር'ዚ ምምርማርን ምዝራብን ዝከኣሎ መን እዩ፧ ምኽንያቱ ኣነባብራኡ ካብዚ ዓለም ፍሉይ እዩ። ኢሳ. 53፡8። ግብ.ሓዋ. 1፡7። 8፡33።
፲ ወባሕቱ ንሕነሰ ይደልወነ ከመ በአምጣነ ነአምን ከመ ወልደ እግዚአብሔር ውእቱ ዘበአማን ዓዲመ ንእመን ከመ ወልደ ሰብእ ውእቱ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወአስተርአየ ዲበ ምድር ወኮነ ምስለ ሰብእ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ በከመ ሀሎ ውስተ መጻሕፍት ወሞተ በእንቲኣነ ወተንሥአ እሙታን ወዐርገ ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አብ ወውእቱ ይመጽእ ይኩንን ሕያዋነ ወሙታነ በከመ ጽሑፍ ወኢንትገበር በተቃውሞተ ቃል በበይናቲነ ወቦ ሰብእ እለ ይክሕዱ በቃለ ሃይማኖት ወይመጽእ ላዕሌሆሙ ዘይቤ ይፀርፋ ላዕለ ሰምየ ኮሎ አሚረ በውስተ አሕዛብ በእንቲኣክሙ። ኢሳ ፶፪፥፭። ሕዝ ፴፮፥፳-፳፫ ። ሮሜ ፪፥፳፬ ።	10. ንሕና ግና ከምቲ ወልደ እግዚኣብሔር ምኻኑ እንኣምኖ መጠን፥ በዚ ኸኣ ቡቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰብ ከም ዝተወልደ ኽንኣምን ይግብኣና። ኣብዚ ዓለም'ዚ ተራእየ፡ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ከኣ ከም ሰብ ኮኑ ሥራሕ ሰብነት ሠርሐ። ኣብ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ከምዘሎ ምእንታና ሞተ፡ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ውን ተንሥኡ፡ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐመጠ፡ ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ንሱ ንጻድቃንን ኃጥኣንን ኽፈርድ ኪመጽእ እዩ። ነንሓድሓድና እናተነቓቐፍና ኣይንሥራሕ። ነገረ ሃይማኖት ዝኽሕዱ ሰባት ኣለዉ። እቲ 'ኮኑ ጊዜ ብሰርኹም ሰመይ ኣብ ኣሕዛብ ይጽረፍ ኣሎ' ዝበሎ ኣብኡም ክፍጸም እዩ ። ኢሳ. 52፡5 ። ሕዝ. 36፡ 20-23። ሮሜ 2፡24።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፲፩ እመቦ ዘይብል ከመ ለሥጋ ክርስቶስ አልቦቱ ነፍስ ወልቡና ወኢየአምን ቦቱ ከመ ለሊሁ ፍጹም በኵሉ ግብር በከመ ጽሑፍ ወውእቱ ፩ዱ ክመ ውጉዘ ለይኩን ትርጓሜ ወእፎኑ ይትበሀል በእንተ ሥጋ ክርስቶስ ከመ አልቦቱ ነፍስ ወልቡና እሰመ ሀከትሰ ወጎዘነ ልብ ወሕማመ ልብ አኮ ዘሥጋ እሙንቱ አላ ዘነፍስ ወኢኮነት ነፍስ እንበለ ልቡና ወነፍስሂ ለባዊት ይእቲ ወሀከትሰ አኮ ዘመለኮት ውእቱ ወመለኮትኒ ኢኮነ ፍሉጠ እምኔሁ ወኢሐመ መለኮተ እግዚአብሔር ቃል አላ ሐመ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ በከመ ጽሑፍ ዘይብል ነሥአ ደዌነ ወፆረ ሕማመነ ወሀከትሰ ወጎዘን ወሕማመ ልብ	11. እቲ ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ነፍሰን ልቡናን የብሉን ዝብል፡ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ ንሱ ብነፍሰን ሥጋን ፍጹም ከምዝኾነ ኮኑ ሳዕ ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ዝተወገዘ ይኹን። ትርጓሜ፣ 'ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ነፍሰን ፍልጠትን የብሉን' ተባሂሉ ከመይ ኢሉ ይንገር፧ ምኽንያቱ ኃዘንን ጓህን ልቢ ናይ ነፍሲ እዩ እምበር ናይ ሥጋ ገንዘብ ኣይኮነን። ነፍሲ ፍልጠት ዘይብላ ኣይኮነትን። ነፍሲ ፈላጥ እያ። ጓሂ ገንዘብ መለኮት ኣይኮነን፡ መለኮት ውን ካብ ሥጋ ዝተፈልየ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ቃል ካባና ብዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ እምበር መለኮት ብባህርይ ኣይሓመመን። 'ደዌና ወሰደ፡ ሕማምና ውን ገንዘብ ገበረ' ተባሂሉ ከምዝተጻሕፈ፥ ጓህን ኃዘን ልብን እቲ ሕማም ነፍሲ ንሱ እዩ።

ቃለ ግዘት ም ፻፲፯	ቃለ ግዘት ም 117
ውእቱኬ ደዌሃ ለነፍሰ ወድካምሰ ወነዊም ወሕማም እንተ ዘሥጋ እሙንቱ። ኢሳ ፶፫፡፬ ። ማቴ ፰፡፲፯ ። ፳፯፡፴፰ ።	ድኻም፡ ድቃስን ሕማምን ናይ ሥጋ እዮም። ኢሳ. 52፡4 ። ማቴ. 8፡14 ። 26፡38 ።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፲፪ እመቦ ዘይብል በእንተ ክርስቶስ ኢኮነ ሰብአ ፍጹመ ከማነ ወኢይትአመን ቦቱ ከመ ውእቱ ተመሰለነ በዅሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ ወእፎኑ ይብልዎ ለፀዲዱ ክርስቶስ ኢኮነ ሰብአ ፍጹመ አላ ነሥአ ክፍለ እምሰብእ ወለሊሁ ይብል አንሰ እሜጡ ነፍስየ ህየንተ አባግዕየ ቤዛ ወሥጋየኒ መብልዐ ጽድቅ ዘበአማን ወዘበልዐ ሥጋየ ወሰትየ ደምየ ቦ ሕይወት ዘለዓለም። ዮሐ ፮፡፶፬-፶፯ ። ፲፡፲-፲፯ ።	12. ‘ክርስቶስ ከማና ፍጹም ሰብ ኣይኮነን’ ዝብል፡ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ብኸዮሉ ሥራሕ ንሱ ከምዝመሰለና ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ንሱ ነፍሰይ ምእንቲ ኣባጊዔይ በጃ ገይረ ክህብ እየ፡ ሥጋይ ሓቀኛ መግቢ እዩ፡ ሥጋ ዝበልዐን ደመይ ዝሰተየን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣለዎ’ ይብል። ከመይ ኢሎም ነቲ ሓደ ክርስቶስ ካብ ሰብኡ ተኸፊሉ ተዋሓደ እምበር ፍጹም ሰብ ኣይኮነን ይብልዎ፧ ዮሓ. 6፡54-67 ። 10፡10-17 ።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፲፫ እመቦ ዘይብል በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ይትመየጥ ወይትቄለጥ ወኢይትአመን ከመ ለሊሁ ርሑቅ እምተውላጥ ወተምያጥ በመንፈሱ ወሥጋሁ ኢማሳኒ ውእቱ በከመ ጽሑፍ ውጉዝ ለይኩን ፍካሬ ወእፎኑ ይብልዎ ለፀዲዱ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ይትቄለጥ ወይትመየጥ ወለሊሁ እግዚእነ ይብል አነ ውእቱ ዘኢይትቄለጥ ወዓዲ ተብህለ ኢኀደገ ነፍሶ ውስተ ሲኦል ወሥጋሁኒ ኢርእየ ሙስና። መዝ ፲፭(፲፮)፡፱-፲፩። ሚል ፫፡፮። ግብ ሐዋ ፪፡፴፩ ።	13. ብዛዕባ ክርስቶስ ንሱ ከምዝልወጥን ባህሪኡ ከምዝኃድግን ዝዛረብ፣ ንሱ ብመለኮቱ ካብ ምልዋጥን ባህሪኡ ካብ ምልቃቕን ዝረሓቐ እዩ፣ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ ሥጋኡ ዘይልወጥ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ከመይ ኢሎም ነዚ ሓደ ክርስቶስ ይልወጥ እዩ ባህሪኡ ይለቅቕ እዩ ይብልዎ፧ ንሱ ጐይታና ‘ኣነ ዘይልወጥ ኣምላኽ እየ’ ይብል። ከምኡ ውን ‘ንነፍሱ ኣብ ሲኦል (መቓብር) ኣይኃደገን፡ ሥጋኡ ውን ሙስና መቓብር ኣይረኣየን’ ተባሂሉ ተነጊሩ እዩ። መዝ 16(15)፡9-11። ግብ ሓዋ 2፡11።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፲፬ እመቦ ዘይብል በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ብእሲ ፍጹም በለፈ ወቃለ እግዚአብሔርኒ ፍሉጥ በባሕቲቱ በለፈ ወኢየአምን ከመ ፀዲዱ ውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ በከመ ጽሑፍ ውጉዝ ለይኩን ፍካሬ ወእፎኑመ ይብልዎ ለፀዲዱ ክርስቶስ ብእሲ ዕሩቅ ወፍሉጥ በባሕቲቱ ወለሊሁ እግዚእነ ይቤ በእንተ ምንት ተኀሥሡ ትቅትሉኒ ብእሴ ጻድቀ ዘጽድቀ እነግረክሙ ዘሰማዕኩ እምኀበ አቡየ እንከሰኬ አኮ ውእቱ ብእሲ ዘመጠወ ነፍሶ በእንቲአነ አላ ዳእሙ ለሊሁ ውእቱ እግዚአብሔር ባሕቲቱ ዘመጠወ ነፍሶ በፈቃዱ በእንቲአነ በሥጋ ወበእንተ ዝንቱ ይብል ለሊሁ ለእግዚእነ ንስትዎ ለዝንቱ ቤተ መቅደስ ወአነ አነሥኦ በሣልስት ዕለት ወኮነ ይብል ዘንተ በእንተ ቤተ ሥጋሁ ። ዮሐ ፪፡፲፱-፳፪ ። ፳፡፳ ።	14. ብዛዕባ ክርስቶስ ሥጋ ናብ ሓደ ወገን ፍሉይ ከምዝኾነ፡ እግዚኣብሔር ቃል ውን ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ከምዝኾነ ገይሩ ዝዛረብ፣ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ ኾአ ‘ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ’ ኢሉ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ንሱ ጐይታና ‘ነቲ ካብ ኣቦይ ብህልውና ዝሰማዕክዎ ሓቂ ንዝነግረኩም ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንኣይ ስለምንታይ ኽትቕትሉኒ ትደልዩ፧’ ይብል። ከመይ ኢሎም ንሓደ ክርስቶስ ዕሩቅ ብእሲ፡ ነንበይኑ ዝተፈላለየ እዩ ይብልዎ፧ እምበኣር ምእንታና ብፍቓዱ ንርእሱ ብሥጋ ንሕማምን ሞትን ዝሃበ ንሱ እግዚኣብሔር እዩ እምበር፡ ምእንታና ሰብኡ ኣጎሊፉ ንሕማምን ሞትን ዝሃበ ዕሩቅ ብእሲ ኣይኮነን። ስለዚ እዩ ውን ንሱ ጐይታ ‘ነዚ ቤት መቅደስ’ዚ ኣፍርሰዎ ኣነ ብሣልሳይ መዓልቲ ኸተንሥኦ እየ’ ዝበለ። እዚ ዝበለ ብዛዕባ ሥጋኡ እዩ። ዮሓ. 2፡12-22። 8፡40 ።

ቃለ ግዘት ም ፻፲፯

ክፍል ፮

፲፭ እመቦ ዘይብል ከመ ክርስቶስ ይድኅን ወኢየአምን ከመ ውእቱ መድኅነ ዓለም ውእቱ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ ወእፎኑ ይብልዎ ለፅዱ ክርስቶስ ይድኅን ወለሊሁ መድኃኒነ እግዚእነ ይቤ አነ ውእቱ ሕይወት ወማሕየዊ አንሰ መጻእኩ ከመ ይርከቡ ሕይወተ ወዘየአምን ብየ ኢይሬእያ ለሞት አላ ይሬኢ ሕይወተ ዘለዓለም። ዮሐ ፲፤፲ ። ፲፩፡፳፭-፳፰ ።

ክፍል ፯

፲፮ እመቦ ዘይብል ካልእ ውእቱ ዘሐመ ወካልእ ውእቱ ዘኢሐማሚ ወኢይትአመን ከመ እግዚአብሔር ቃል ዘኢየሐምም ሐመ በሥጋ ዘኢይትቄለጥ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ትርጓሜ እፎኑ ይትበሀል ካልእ ውእቱ ብእሲ ዘሐመ ወካልእ ውእቱ ዘኢሐማሚ ወለሊሁ እግዚእነ ይቤ እስመ ሀለዎ ለወልደ ዕጓለ እመሕያው ይሕምም ብዙኅ ሕማመ ወይትቀተል ወይትነሣእ በሣልስት ዕለት ወዓዲ ይቤ እስመ ትሬእይዎ ለወልደ እጓለ እመሕያው እንዘ ይነብር በየማነ አብ ወካዕበ ይቤ ወአመ ይመጽእ ወልደ እጓለ እመሕያው በስብሐተ አቡሁ። ማቴ ፲፮፡፳፩-፳፰።

ክፍል ፰

፲፯ እመቦ ዘይብል ካልእ ውእቱ ወልደ እግዚአብሔር ዘተወልደ እምቅድመ ዓለም ወካልእ ውእቱ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወኢየአምን ከመ ለሊሁ ውእቱ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወውእቱ ፅዱ ክመ ቀዳማዊ ወደኃራዊ ወውእቱ ዓዲ ዘለብሰ ድኅረ ሥጋ እማርያም በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ትርጓሜ እፎኑ ይትበሀል ካልእ ውእቱ ወልድ ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወካልእ ውእቱ ዘመጽአ ድኅረ ወለሊሁ እግዚእነ ይቤ እምቅድመ ይትወለድ አብርሃም ሀሎኩ አነ ወካዕበ ይቤ አንሰ መጻእኩ እምኀበ አብ ወአነሂ ሀልው ቦቱ አንሰ አሐውር ኀበ አብ። ዮሐ ፰፡፶፰ ። ፲፮፡፳፯-፴።

ቃለ ግዘት ም 117

ክፍሊ 6

15. 'ክርስቶስ ድኅነት ይደሊ እዩ' ዝብል፡ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ 'ንሱ ናይ ዓለም መድኅን እዩ' ኢሉ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ባዕሉ ንሱ መድኃኒናን ጕይታናን 'እቲ ዘድኅን ኣምላኽ ኣነ እየ፡ ኣነ ድኅነት ንኽረኽቡ እየ ዝመጻእኹ። እቲ ብኣይ ዝኣመን ሕያው ኮይኑ ይነብር እምበር ኣይመውትን እዩ' እናበለ ከመይ ኢሉም ኑቲ ሓደ ክርስቶስ ድኅነት ይደሊ ይብልዎ፧ (ዮሓ. 10፡10። 11፡25-28 ።

ክፍሊ 7

16. 'እቲ ዝሓመመ ካልእ እዩ፡ ሕማም ዘይብሉ ኸኣ ካልእ እዩ' ዝብል፡ ከምኡ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ እቲ ዘይሓምም እግዚኣብሔር ቃል ብዘይልወጥ ሥጋ ከምዝሓመመ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ባዕሉ ንሱ ጕይታና፡ 'ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ብዙኅ መከራ ኪቕበል ኪመውት ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ኸኣ ኪትንሥእ እዩ' ይብል። ደጊሙ ኸኣ ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ብየማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ኪትርእይዎ ኢኹም ይብል። ከምኡ ውን ወልደ እጓለ እመሕያው ክርስቶስ ብጕይትነት ኣቦኡ ኪመጽእ እዩ' እናበለ፡ ከመይ ኢልካ እቲ ዝሓመመ ካልእ እዩ፡ እቲ ሕማም ዘይብሉ ኸኣ ካልእ እዩ ይበሃል፧ ማቴ. 17፡21-28።

ክፍሊ 8

17. 'እቲ ዓለም ከይተፈጥረ ዝተወልደ ወልደ እግዚኣብሔር ካልእ እዩ፡ እቲ ካብ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ኸኣ ካልእ እዩ' ዝብል፣ ከምኡ ውን እቲ ቅድሚ ፍጥረት ዓለም ዝነበረ ንሱ ባዕሉ ከምዝኾነ፡ ቀዳማዊን ደኃራዊን ንሱ ሓደ በይኑ ከምዝኾነ፡ ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ኣብ ዳኅራይ ዘመን ካብ ድንግል ማርያም ሥጋ ዝወሰደ ንሱ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ንሱ ጕይታ ብቓሉ 'ኣብርሃም ከይተወልደ ኣነ ነበርኩ' ይብል። ደጊሙ ውን 'ካብ **ኣብ** ተወሊደ መጻእኩ ብእኡ ኸኣ ህልው እየ፡ ከምኡ ኸኣ ናብ **ኣብ** ክኸይድ እየ' እናበለ፣ ከመይ ኢልካ እቲ ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ ወልድ ካልእ፡ እቲ ደኃር ሰብ ዝኾነ ኸኣ ካልእ እዩ ይበሃል፧ ዮሓ. 8፡58። 16፡ 26-30።

ቃለ ግዘት ም ፻፲፮	ቃለ ግዘት ም 117
ክፍል ፱	**ክፍሊ 9**
፲፰ እመቦ ዘይብል በእንተ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ተወልደ እምዘርአ ብእሲ በልማድ ከመ ኮሉ ሰብእ ወኢይትአመን ከመ ለሊሁ ተወልደ እመንፈስ ቅዱስ ወእምእግዝእትነ ማርያም ቅድስት ድንግል ወተሠገወ እምዘርአ ዳዊት በሥጋ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ እፎኑ ይብልዎ ለክርስቶስ ተወልደ እምዘርአ ብእሲ እምድንግል ወመልአክሂ አብሠራ ለማርያም በልደተ እግዚአብሔር ቃል ወአውሥአቶ ድንግል ወትቤሎ እፎኑ ይከውነኒ ዝንቱ እንዘ ኢየአምር ብእሴ ወይቤላ መንፈስ ቅዱስ ይመጽእ ላዕሌኪ ወኃይል ልዑል ይጼልለኪ ወዘኒ ይትወለድ እምኔኪ ቅዱስ ውእቱ ወይሰመይ ወልደ እግዚአብሔር ልዑል ወዓዲ ይቤሎ መልአክ ለዮሴፍ ኢትፍራህ ከመ ትንሥኣ ለማርያም ፍጎርትከ ወዘይትወለድሂ እምኔሃ እመንፈስ ቅዱስ ውእቱ ወትወልድ ወልደ ወይሰመይ ሰሙ አማኑኤል ዘበትርጓሜሁ እግዚአብሔር ምስሌነ። ማቴ ፩፡፲፰-፳፭ ። ሮሜ ፩፡፫ ። ሉቃ ፩፡፴፭-፴፮ ።	18. እቲ ብዛዕባ ክርስቶስ፡ ‘ከም ልምዲ ናይ ኮሉ ሰብ ብዘርኢ ሰብኣይ ተወልደ’ ዝብል፣ ከምኢ ውን ከምቲ ዝተጻሕፈ ካብ ዘርኢ ዳዊት ሰብ ኮይኑ ንሱ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ እመቤትና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከምዝተወልደ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፡ ከመይ ኢሉም ንክርስቶስ ብዘርኢ ብእሲ ካብ ድንግል ተወልደ ይብልዎ፧ እቲ መልኣኽ ውን ንድንግል ማርያም እግዚአብሔር ቃል ከም እትወልደ ኣብሠራ። ድንግል ድማ ‘ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ኢሉ ክኾነለይ ይከኣል’ ኢላ መለሰትሉ፡ ንሱ ድማ ‘መንፈስ ቅዱስ ክኃድረኪ እዩ፡ ኃይለ **አብ** ወልድ ድማ ካብ ዘርእን ሩካቤን ክሕልወኪ እዩ፡ እቲ ካባኺ ዝውለድ ውን ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ ወዲ እቲ ልዑል እግዚአብሔር ክበሃል እዩ’ በላ። ደጊሙ ኸኣ እዚ መልኣኽ ንዮሴፍ ‘ነታ ዝተኃፀኻያ ማርያም ንምቕባላ ኣይትፍራህ!፡ ፍለጥ፡ እቲ ካብኣ ዝውለድ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ፡ ወዲ ክትወልድ እያ ስሙ ውን ኣማኑኤል ክስመ እዩ ትርጕሙ ድማ እግዚአብሔር ምሳና ሓደ ኾነ ማለት እዩ’ በለ። ማቴ. 1፡18-25። ሮሜ 1፡3። ሉቃ. 1፡34-36 ።
ክፍል ፲	**ክፍሊ 10**
፲፱ እመቦ ዘይብል እስመ ቃለ እግዚአብሔር ከመ ብእሲ ዕሩቅ ወከመ ፩ዱ እምነቢያት ውእቱ ነሥአ ጸጋ ወኢይትአመን ከመ ውእቱ ተሠገወ እምድንግል ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ከማነ ዘተወልደ በቤተ ልሔም ወተሐፅነ በናዝሬት ወልህቀ በበሕቅ ወነበረ አዘማነ ጐልቍ ወተጠምቀ በዮርዳኖስ ወአብ ኮነ ሎቱ ስምዐ እንዘ ይብል ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘአፈቅር በከመ ጽሑፍ ውጉዝ ለይኩን ፍካሬ እፎኑ ይብልዎ ለክርስቶስ ከመ ብእሲ ዕሩቅ ወከመ ፩ዱ እምነቢያት ዘለሊሁ እግዚእነ ኮነ ሰብአ እምሥጋሃ ለድንግል በእንተዝ ጽሑፍ ከመዝ እስመ ብእሲ ቀዳማዊ እምድር ውእቱ ወለሊሁ ምድራዊ ወውእቱ ተፈጥረ እምድር ወውስተ መሬትኒ ምግባኢሁ ወዳግማይኒ አዳም እምሰማይ ውእቱ ወረደ ቃል ወኮነ ሰብአ ወዐረገ ዓዲ ኀበ አርያም ። ዘፍ ፫፡፲፱ ። ፩ቆሮ ፲፭፡፵፮-፵፱ ። ኤፌ ፬፡፱-፲፩ ።	19. ‘እግዚአብሔር ቃል ከም ዕሩቅ ብእሲን ከም ሓደ ካብ ነቢያትን ጸጋ ተቐበለ’ ዝብል፣ ከኡ ውን ካብ ድንግል ነፍስን ሥጋን ከምዝወሰደ፡ ወሲዱ ውን ከማና ፍጹም ሰብ ከምዝኾነ፡ ኣብ ቤተልሔም ከምዝተወልደ፡ ኣብ ናዝሬት ኸኣ ከም ሕፃናት በብንእሽቶ ከም ዝዓበየ፡ 30 ዓመት ምስ ኣኸለ ድማ ኣብ ዮርዳኖስ ከም ዝተጠምቀ፡ ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን **አብ** ‘እቲ ዝፈትዎ ወደይ እዚ እዩ’ ኢሉ ከምዝመስከረሉ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ከመይ ኢሎም ንክርስቶስ ዕሩቅ ብእሲ እዩ፡ ካብ ነቢያት ውን ከም ሓደ እዩ ይብልዎ፧ ንሱ ጉይታና ግና ካብ ድንግል ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ። በዚ ድማ እቲ ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ካብ ምድሪ ዝተረኽበ እዩ፡ ርእሱ ምድራዊ ካብ መሬት ዝተፈጥረ ናብ መሬት ከምዝምለስ ተጻሒፉ እዩ። እዚ ዳግማይ ኣዳም ግና ካብ ሰማይ ዝመጸ እዩ፡ ቃል ካብ ሰማይ ወሪዱ ሰብ ኮነ፡ ከምኡ ድማ ናብ ሰማይ ዓረገ ተባሂሉ ከምዚ ኢሉ ተጻሕፈ። ዘፍ. 3፡19። 1ይ ቆሮ. 15፡46-48 ። ኤፌ 4፡9-11 ።
፳ ወበእንተ ዝንቱ ይሰመይ አዳም ቀዳማይ ወአዳም ደኃራይ እስመ ደኃራይ ዘተሰብአ ግብር ክሡት	20. ስለዚ ኸኣ ቀዳማዊ ኣዳም ደኃራዊ ኣዳም ተባሂሉ ይጽዋዕ። ደኃራዊ ዝተባህለ እቲ ሰብ ዝኾነ እዩ እሞ

ቃለ ግዘት ም ፻፲፯

ከመ ዳግማዊ ለሊሁ ውእቱ እምቀዳማዊ በእንተ ትሥጉት ወበከመ ተሠገወ ተሰምየ ወልደ እጓለ እመሕያው ወለሊሁ ክርስቶስ ውእቱ ከመዝ ዓዲ ስምዐ ኮነ በእንቲአሁ እስመ ብእሲ ዳግማዊ ውእቱኬ መድኃኒሁ ለቀዳማዊ በእንተ ዝንቱ ወረደ ከመ ያሕይዎ።

ክፍል ፲፭

፳፭ እመቦ ዘይብል በእንተ ሥጋ ክርስቶስ እምሰማይ ውእቱ ወከመ ውእቱ ህልው እምቀዲሙ ምስለ መለኮቱ ወኢየአምን ከመ ውእቱ ተፈጥረ በአምሳለ እግዚአብሔር ዘሀሎ እምቅድመ ዓለም ወእምዝ በደኃሪ መዋዕል አጽነነ ርእሶ በፈቃዱ ወበፈቃደ አቡሁ ወበሥምረተ መንፈስ ቅዱስ ወረደ ቃል ወነሥአ ሎቱ አርአያ ጉበር በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ እፎኑ ይትበሀል በእንተ ሥጋ ዘኮነ እምድኅረ ዘመን ህልው ምስለ መለኮቱ ዝውእቱ መለኮቱ እምቅድመ መዋዕል ወአዝማን ወሥጋሰ ይትበሀል ህልወ ለዘኢፈዱ ውእቱ ምስለ ህላዌሁ ወመለኮቱ ዘኢይትመየጥ ወኢይትዌለጥ።

ክፍል ፲፮

፳፮ እመቦ ዘይብል በእንተ ሥጋ ክርስቶስ ኢፍጡር ውእቱ ወኢይትአመን ከመ ቃለ እግዚአብሔር ዘኢተፈጥረ ኃደረ በሥጋ ዘተፈጥረ ወነሥአ ሎቱ ሥጋ እምእጓለ እመሕያው ዘእንበለ ኃጢአት ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ከማነ በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ እፎኑ ይትበሀል ከመ ሥጋ ኢፍጡር ውእቱ ወኮሉ ሥጋ ዘኢተፈጥረ ኢሐማሚ ውእቱ ኢይትገሠሥ ወኢይትሜከር ወክርስቶስ ሶበ ተንሥአ እሙታን አርአየ ለአርዳኢሁ አሠረ ቅንዋት ወርግዘት እንተ ዘገቦሁ ወዓዲ ቦአ እንዘ ዕጽው ጎዋጎው እንበለ ያርጎውዎ ከመ ያርእዮሙ ኃይለ መለኮቱ ወጽድቀ ትሰብእቱ ጎቡረ ተፈጸመ ፲ቱወ፪ቱ ክፍል እንተ ዘቅዱስ ጎርጎርዮስ ኤጲስ ቆጶስ ወሰብሐት ለእግዚአብሔር ወላዕሌነ ይኩን ሣህሉ ወምሕረቱ ለዓለመ ዓለም አሜን።

❖ ❖ ❖

ቃለ ግዘት ም 117

ንሱ ካብ ቀዳማዊ አዳም ተረኺቡ ዳግማዊ ከምዝኾነ ይፍለጥ። ሰብ ብምኻኑ ወዲ ሰብ ተባህለ። ንሱ ክርስቶስ ድማ 'ዳግማዊ አዳም ኑቲ ቀዳማዊ አዳም መድኃንቱ ስለዝኾነ ንኽድኅኖ ወረደ' ብምባል ስለ ርእሱ መሰከረ።

ክፍሊ 11

21. 'እቲ ሥጋ ክርስቶስ ካብ ሰማይ እዩ፡ ምስ መለኮቱ ውን ብቐድምና ዝነበረ እዩ' ዝብል፣ ከምኡ ውን ሰብ ብኣምሳል እቲ ብቐድምና ዝነበረ እግዚአብሔር ከምዝተፈጥረ ዘይኣምን፡ ቃል ውን ብዳኅራይ ዘመን ብፍቓዱን ብፍቓድ ኣቦኡን ብፍቓድ መንፈስ ቅዱስን ርእሱ ኣትሒቱ ሰብ ከምዝኾነን ከምቲ ዝተጻሕፈ ናይ ግዙእ ኣዳም ባህርይ ከምዝወሰደን ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ከመይ ኢልካ ሥጋ ድኅሪ ዘመን ዝተረኽበን ምስ መለኮት ብቐድምና ዝነበረን እዩ ይበሃል፤ መለኮት ቅድሚ ዕለትን ዘመንን ዝነበረ እዩ፡ ሥጋ ግና ብሓድነቱ ንዝነበረ ቃል ምስቲ ዘይልወጥን ዘይናወጽን ባህርየ መለኮቱ ተዋሓደ ይበሃል።

ክፍሊ 12

22. 'እቲ ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ዘይተፈጥረ እዩ' ዝብል፣ ከምኡ ውን ፍጡር ዘይኮነ እግዚአብሔር ቃል ኑቲ ፍጡር ሥጋ ከምዝተዋሓደን ከምቲ ዝተጻሕፈ ብዘይ ኃጢኣት ካብ ባህርየ ሰብ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ከማና ፍጹም ሰብ ከምዝኾነን ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ከመይ ኢልካ ሥጋ ዘይተፈጥረ እዩ ይበሃል፤ ኵሉ እቲ ዘይተፈጥረ ባህርይ ሕማም የብሉን፡ ኣይድኅሥንን ኣይፍተንን እዩ። ክርስቶስ ግና ካብ ምዉታን ተፈልዩ ምስ ተንሥአ ንደቀ መዛሙርቱ ዝተሸንከረ ኣእዳዉን ኣእጋሩን፡ ዝተወግአ ጉድኑ ኣርኣየ። ደጊሙ ውን ኑቲ ሥልጣነ መለኮቱን ሓቐኛ ሰብ ምኻኑን ብሕብረት ምእንቲ ኸረድኦም ብዕጹው ማዕያ እንከይከፈትሉ ኣተወ። ኤጲስቆጶስ ጎርጎርዮስ ዝጸሓፎ 12 ክፍሊ ተፈጸመ። ንእግዚአብሔር ምስጋና ይብጽሓዮ፡ ንኣና ውን ምሕረቱን ለውሃቱን ይግበረልና ንዘለዓለም፡ ኣሜን።

❖ ❖ ❖

ቃለ ግዘት ም ፻፲፰	ቃለ ግዘት ም 118
ምዕራፍ ፻፲፰ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 118 ክፍሊ 1**
፩ ድርሳን ዘተናገረ ባቲ ዮልዮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘሮሜ ዘኮነ ስምዐ ጢሞቴዎስ በውስተ መጽሐፉ ቀዳማዊ ወአውገዘ ባቲ እመቦ ዘይቤ ከመ ብእሲ ዘነሥእዎ እምኀበ እግዚአብሔር፤ ወእግዚአብሔርኒ ኃደረ በኢየሱስ ዘውእቱ እማርያም ወከመ ውእቱ ፪ቱ ህላዌያት ፍጹማን ኢኮኑ ፩ደ ኅቡረ ያእምር እንከ ዘይቤ ከመዝ ከመ ውእቱ ነኪር እምተሰፋ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘቦቱ ኮነ ኮሉ ግብር ወኮሉ ፍጥረት ዘውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ በከመ መህሩነ ዮሐንስ ወጳውሎስ። ዕብ ፩፡፫።	1. እታ ጢሞቴዎስ አብ ቀዳመይቲ መጽሓፉ ምስክር ኾይኑ ዘውገዛ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ዮልዮስ ዝተናገራ ድርስት እዚኣ እያ፥ 'ካብ እግዚአብሔር ዝተሾመ ዕሩቅ ብእሲ እዩ፥ እግዚአብሔር ከኣ ኣብቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ኃደረ፡ እቶም ፍጹማት ዝኾኑ ክልተ ባህርያት ውን ብተዋሕዶ ሓደ ኣይኮኑን' ዝብል ሰብ እንተሎ፣ እቲ ከምዚ ዝብል ካብቲ ንኹሉ ፍጥረት ዝፈጠረን ኮሉ ሥራሑ ዝገበረሉን እግዚኣብሔር ቃል ዝህቦ ተሰፋ ፍሉይ ምኻኑ ይፍለጥ። ከምቲ ዮሓንስን ጳውሎስን ዝመሃሩና ንኹሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ውን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ። ዕብ 1፡3 ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፪ እመቦ ዘኢየአምን በብእሲ ዘውእቱ እምእግዝእትነ ማርያም ድንግል ከመ ውእቱ አምላክ ለባሴ ሥጋ ወለሊሁ ዕሩይ ምስለ አብ ወውእቱ አምላክ ህልው እምቀዲሙ ወኢተወለጠ መለኮቱ ለከዊነ ሥጋ ሐማሚ ውጉዝ ለይኩን። ዮሐ ፩፡፩-፲፰።	2. ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ዝተወልደ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ምስ **ኣብ** ማዕረ ከምዝኾነ፡ ብቐድምና ዝነበረ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ መለኮቱ ውን ሓማሚ ሥጋ ናብ ምኳን ከምዘይተለወጠ ዘይኣምን ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ዮሓ. 1፡1-18 ።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፫ እመቦ ዘይብል ከመ ሥጋ መድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢኮነ እምእግዝእትነ ማርያም አላ እምሰማይ ውእቱ ወይብሎ ለፍጡር ኢተፈጥረ፤ ወውእቱ ኮነ እምኀበ ኢሀልዎ ከመ ኮሉ ፍጥረት ውጉዝ ለይኩን፤ ወዘሂ ይብል ዓዲ በእንተ ሥጋ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ሥጋ አምላክ በእንተ ዘተዋሐደ በእግዚአብሔር ዘኢተፈጥረ ወበእንተ ዝንቱ ይደሉ ከመ ንስግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ ወውእቱ ፩ዱ አምላክ ዘኢተፈጥረ ወኢኮነ ፪ተ ዘሰ የአምን ከመዝ ብፁዕ ውእቱ።	3. 'መድኃኒና ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ዝመጸ እዩ እምበር ካብ ድንግል ማርያም ዝተረኽበ ኣይኮነን' ዝብል፡ 'ንቲ ፍጡር ውን ኣይተፈጥረን' ዝብሎ፡ 'ከም ኮሉ ፍጥረት ውን ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር መጸ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ከምኡ ውን ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝወሰዶ ሥጋ ውን ንቲ ፍጡር ዘይኮነ ኣምላክ ስለዝተዋሓደ ናይ ኣምላክ ሥጋ እዩ፡ ስለዚ ድማ ንእግዚኣብሔር ቃል ካብ ሥጋኡ ክይፈለና ሓንቲ ስግደት ክንሰግደሉ ይግባእ። ንሱ ዘይተፈጥረ ሓደ ኣምላክ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን ዝብል፡ከምዚ ኢሉ ውን ዝኣምን ብፁዕ እዩ።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፬ ወለነሰ ለክርስቶሳውያን ሃይማኖትነ ከመ ሥርዓተ ትምህርት ሐዋርያዊ ውእቱ በእንተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ መለኮት ዘበአማን ወአሐቲ ስግደት ወ፩ዱ ስባሔ ወ፩ዱ ክብር ወአሐቲ ሥልጣን ወ፩ዱ ዕበይ ወአሐቲ ሥምረት ወ፩ዱ ፈቃድ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወዘሰ ያበውእ መለኮተ ካልአ አው ያመጽእ ስባሔ ካልአ እምቃላተ ሱራፌል እለ ይብሉ	4. ንኣና ንክርስቲያን ግና ብዛዕባ **ኣብን** ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከም ሥርዓተ ትምህርቲ ሓዋርያት እንኣምኖ ሃይማኖትና ፥ 'ብሓቂ ሓደ መለኮት ሓንቲ ስግደት ሓደ ምስጋና ሓደ ክብሪ ሓንቲ ሥልጣን ሓደ ጉይትነት ሓንቲ ድሌትን ሓደ ፍቓድን ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ገንዘብ እዩ' ምባል እዩ። እቲ ካልኣ ኣምላኻ ዝሰብኾ፣ ከምኡ ውን ካብቲ 'ፈጣሬ መላእኽቲ እግዚኣብሔር ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ተባሂልካ እትምስግኖ ምስጋና ኣብ ኣርባዕቲኡ መዓዝን ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ'

ቃለ ግዘት ም ፻፲፰	ቃለ ግዘት ም 118
ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚአብሔር እግዚአ ጎይላት ምሉእ ሰማያተ ወምድረ ቅድሳተ ስብሐ ቲከ ውጉዘ ለይኩን። ኢሳ ፮፥፩-፬ ። ፩ቆሮ ፲፫፥፮ ።	እናበሉ ሱራፌል ዘመስግንዎ ምስጋና ዝተፈልየ ካልእ ምስጋና ዘምጽእ ውጉዝ ይኹን። ኢሳ 6፡1-4 ። 1ይ ቆሮ 8፡6 ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፭ እመቦ ዘይፈልጥ ባሕርየ ፩ዱ መለኮት ዘእግዚአብሔር አብ እምወልድ ወእመንፈስ ቅዱስ ከመ ዘተገብሩ እሙንቱ በምክሩ ወጥበቡ ለአብ ከማነ ለነ እንለ እመሕያው ወይብል እሙንቱስ ኢኮኑ እምዝንቱ ባሕርይ ፩ዱ ውጉዘ ለይኩን። ዮሐ ፲፡፴ ። ፲፭፡፳፭ ። ፲፮፡፳፯ ።	5. ከማና ከም ሰባት ንሳቶም ብምኽርን ጥበብን **አብ** ከምዝተፈጥሩ ጌሩ፡ ነቲ ናይ እግዚአብሔር **አብ** ሓደ መለኮት ባህርይ ካብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝፈለ፣ ከምኡ ውን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካብዚ ሓደ ባህርይ ኣይተረኽቡን ዝብል ውጉዝ ይኹን። ዮሓ 1፡30። 15፡26። 16፡27።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፮ እመቦ ዘይብል በእንተ ዘተሰቅለ ከመ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ ለባሴ አምላክ ወአምላክ ፈለሰ ለከዊነ ሰብእ እስመ ኢይትከሀሎ ከመ ይርከብ መድኃኒተ ዘእምእግዚአብሔር በብእሲ ውጉዝ ለይኩን ንሕነሰ ንብል ዘሐመ ወሞተ ውእቱ ያድኅን ወዘተወልደ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም መድኅን ውእቱ ወነዋ ይእዜ አምጽአት ብእሲት በወሊዶታ ፍሬ ሕይወት ለኵሉ ዓለም ወዝክረ ሠናየ ለሰብእ ወአስተሳተፎሙ ለሰብእ ምስለ እግዚአብሔር ፈጣሪሆሙ ወበሞቱ አብጠለ ሞተ ወአፍለሶሙ ውስተ ሕይወት እንተ ትከውን እምትንሣኤ።	6. ብዛዕባቲ ዝተሰቐለ፡ 'ኣምላክ ዝኾደሮ ዕሩቕ ብእሲ እዩ፡ ኣምላኽ ናብ ሰብ ምኻን ተለወጠ' ዝብል እንተሎ፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝርከብ ድኃንት ብዕሩቕ ብእሲ ኽረክብ ኣይኽእልን እዩ እሞ ውጉዝ ይኹን። ንሕና ግና 'እቲ ዝሓመመን ዝሞተን ንሱ የድኅን፡ ካብ እመቤትና ንጽሕት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ውን መድኅን እዩ' ንብል። 'እመቤትና ውን ብምውላዳ ንኾሉ ዓለም ፍሬ ሕይወት፡ ንሰብ ድማ ጽቡቕ ስም ኣምጽኣት። ንሰባት ውን ምስ እግዚኣብሔር ፈጣሪኦም ሓደ ገበሮም። ብሞቱ ድማ ንሞት ኣጥፍኡ፡ ካብ ትንሣኤ ናብ ትርከብ ሕይወት ውን ወሰዶሞ' ንብል።
፯ እንከሰኬ እስመ መድኃኒትነሰ እምእግዚአብሔር ውእቱ ወአኮ እምካልእ ዝንቱ ዘቦቱ ይትሔደስ ዓለም ምዕረ ዳግመ ወዘተወልደ ወተሰቅለ መድኅን ውእቱ ወዘወለደቶሂ እግዝእትነ ማርያም ወዘሰቀልዎሂ አይሁድ ዓዲ ኢኮነ ብእሴ ዕሩቀ አላ ለሊሁ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ውእቱ ዘተወልደ እምብእሲት በሥጋ ወዘሰቀልዎ አይሁድ ርኩሳን አምላክ ውእቱ ወሎቱ ይደሉ ስብሐት እምሰብእ ወመላእክት እስከ ለዓለም አሜን።	7. እምበኣር ድኃንትና ዝኾነ ካብ እግዚኣብሔር እምበር ካብ ካልእ ኣይኮነን። እቲ ዓለም ከም ብሓድሽ ሓንሳእ ዝተሓደሰትሉ ንሱ እዩ። እቲ ዝተወልደን ዝተሰቐለን መድኅን እዩ። እቲ እመቤትና ድንግል ማርያም ዝወለደቶን ኣይሁድ ዝሰቐልዎን ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ንሱ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። እቲ ብሥጋ ካብ ድንግል ዝተወልደን ርኹሳት ኣይሁድ ዝሰቐልዎን ንሱ ኣምላኽ እዩ። ካብ ሰብን መላእኽትን ንእኡ ክብርን ምስጋናን ይግብኦ ንዘለዓለም ኣሜን ።

❖ ❖ ❖ ❖ ❖ ❖

ቃለ ግዘት ም ፻፲፱	ቃለ ግዘት ም 119
ምዕራፍ ፻፲፱	**ምዕራፍ 119**
፩ ቃለ ግዘት እምድርሳን ዘነበበ ባቲ ናጣሊስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ በእንተ ሃይማኖት ርትዕት እንተ ጸሐፋ ብፁዕ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእለ እስክንድርያ ኀበ ነገሥት ዘተናገረ ባቲ በእንተ ክርስቶስ አምላክነ ሎቱ ስብሐት ወበእንተ ሥርዓተ ትሥጉቱ ንሕነሰ ነአምን ከመ እግዚአብሔር ቃል ህልው ውእቱ እንበለ ውላጤ ወኢሚጠት።	1. ብዛዕባ እዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ናጣሊስ ካብ ዝተናገሮ ድርሳኑ ዝተረኽበት፣ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ናብ ነገሥት ተጠቂሱ ዝጸሓፉ ፥ ክብርን ምስጋናን ይብጽሓዮ እሞ ናይ ፈጣሪና ኢየሱስ ክርስቶስ ነገርን ሰብ ናይ ምኻኑ ምሥጢርን ዝተናገረላ ቃለ ግዘት እዚኣ እያ። ንሕናስ እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ምልዋጥን ብዘይ ምንዋፅን ጸኒው ከምዝነበር ንኣምን ።
፪ ወኮነ በሥጋሁ ሐዳሴ እጓለ እመሕያው ወለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን በልደት ቀዳማዊ ዘእምእግዚአብሔር አብ ወኮነ ወልደ ሰብእ በልደት ዘእምድንግል ወለሊሁ ወልድ ዋሕድ ዝንቱ ውእቱ ፩ዱ ባሕቲቱ አምላክ ፍጹም ዘዕሩይ ምስለ አቡሁ በህላዌ መለኮቱ ወለሊሁ ዓዲ ብእሲ ፍጹም ወውእቱ ፩ዱ ክመ በልደት ዘእምድንግል ዘዕሩይ በህላዌ ምስለ ህላዌ እጓለ እመሕያው በሥጋ።	2. ሰብ ብምኻኑ ንሰብ ዝሕድስ ኾነ። ቡቲ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ዝተወልዶ ቐዳማይ ልደቱ ንሱ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ባህርይ ወዱ እዩ፣ ቡቲ ካብ ድንግል ዝተወልዶ ደኃራዋይ ልደቱ ድማ ወዲ ሰብ ኮነ ። ንሱ ሓደ ወልድ እዩ፣ ብባህርየ መለኮቱ ምስ ኣቦኡ ማዕረ ዝኾነ ፍጹም ኣምላኽ፡ በዚ ውን ፍጹም ሰብ ሓደ ንሱ ጥራይ እዩ። ቡቲ ካብ ድንግል ዝተወልዶ ልደት ውን ብሥጋ ምስ ባህርየ ሰብ ብባህሪኡ ሓደ ዝኾነ ንሱ ኮሉ ሳዕ ሓደ እዩ ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 1**
፫ እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋ እግዚእነ ውእቱ እምሰማይ አው ዘይብል ሥጋ ህልው ምስለ እግዚአብሔር እምቀዲሙ ውጉዘ ለይኩን።	3. 'ጐይታና ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ዝተረኽበ እዩ፡ ወይ ከኣ ሥጋ ምስ እግዚኣብሔር ብቅድምና ነበረ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 2**
፬ እመቦ ዘኢይትአመን በሥጋ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ እምድንግል ወዕሩይ ምስሌነ በሥጋ ውጉዘ ለይኩን።	4. 'እቲ እግዚኣብሔር ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ድንግል ዝተረኽበ እዩ፡ እግዚኣብሔር ብሥጋ ምሳና ሓደ እዩ' ኢሉ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 3**
፭ እመቦ ዘይብል በእንተ እግዚእነ ወመድኃኒነ ዘተወልደ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል ቅድስት በሥጋ ከመ አልቦቱ ነፍስ ወልብ አው ኢይነብብ ውጉዝ ለይኩን።	5. 'እቲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ብሥጋ ዝተወልደ ጐይታና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነፍስን ናይ ነፍሲ ፍልጠትን የብሉን ወይ ከኣ ኣይዛረብን እዩ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 4**
፮ እመቦ ዘይትሀበል ይበል ሐመ ክርስቶስ በመለኮቱ ወአኮ በሥጋ በከመ ጽሑፍ ውጉዝ ለይኩን።	6. ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ብሥጋ ሓመመ ምባል ኃጺጉ ክርስቶስ ብመለኮቱ ሓመመ' ኢሉ ደፊሩ ዝዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 5**
፯ እመቦ ዘይፈልጦ አው ዘይከፍሎ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ወይብል ከመ እግዚአብሔር ቃል ወልድ ዘእምአብ ፍሉጥ በባሕቲቱ ወካልእ ውእቱ ብእሲ ዘወለደቶ ማርያም ዘተዋሐደ ቦቱ ወኢይትአመን ከመ ለሊሁ ወልድ ዋሕድ ውእቱ ውጉዝ ለይኩን።	7. 'ካብ **አብ** ዝተወልደ እግዚኣብሔር ቃል ንበይኑ ፍሉይ እዩ፡ እቲ ድንግል ማርያም ዝወለደቶ ንሱ ዝተዋሓዶ ውን ካልእ እዩ' ኢሉ ንጐይታናን መድኃኒናን ዝኸፍሎን ዝንጽሎን፣ ንሱ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።

ቃለ ግዘት ም ፻፳	ቃለ ግዘት ም 120
ምዕራፍ ፻፳ ፡ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 120 ፡ ክፍሊ1**
፩ ድርሳን ዘቅዱስ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት ኤጲስ ቆጶስ ዘእንዚናዙ ዘቍስጥንጥንያ በመልእክቱ እንተ ጸሐፋ ኀበ አቅላንድዮስ እምዘተርጕመ ዝንቱ እምቅብጢ ኀበ ልሳነ ዓረቢ ኢያስሕቱ ሰብአ ወኢያስሕቱ ነፍሳቲሆሙ ወኢይበሉ በእንተ ትሰብእተ እግዚአብሔር ከመ አልቦቱ ነፍስ ወልቡና በከመ ይብሉ ሰብእ አብዳን ወፈድፋደ ከመ እለ ይትናገሩ በእንተ አምላክነ ቃለ ምኑነ ወይፈልጥዎ ለእግዚአብሔር ቃል እምትሰብእት።	1. ንሱ ካብ ቅብጢ ናብ ዓረብ ምስ ተርጉሞ፡ ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ፡ እዚ ሓድነትን ሰለስትነትን ዝተናገረ፡ ናይ ቍስጥንጥንያ እንዚናዙ ኤጲስቆጶስ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝተናገራ ድርሳን እዚኣ እያ። ንሰባት ኣየስሕቱ። ንርእሶም ውን ኣይሰሓቱ፣ ከምቲ ዓያሹ ሰባት ዝብልዎ፡ ብዝያዳ ድማ ከምቶም ብዛዕባ ኣምላኽ ዘይግባእ ነገር ዝዛረቡን ንእግዚአብሔር ቃል ካብ ትሰብእት ዝፈልይዎን ሰባት፡ 'እቲ እግዚአብሔር ቃል ዝተዋሓዶ ሥጋ፡ ነፍስን ናይ ነፍሲ ፍልጠትን የብሉን' ኣይብሉ።
፪ ንሕነሰ መሢሓውያን ኢንፈልጦ ለእግዚአብሔር ቃል እምትሰብእቱ አላ ከመ ፩ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ ዘእምቅድመ ዓለም ዘእንበለ ፍልጠት ወኢቱሳሔ ምስለ ሥጋ እንዘ ውእቱ ዕሩይ ምስሌነ ወእምዝ ፈጸመ ግብረ ከዊነ ሰብእ በእንተ ዘነሥአ ለመድኃኒትነ ሞተ በሥጋ ወለሊሁ ኢመዋቲ በመለኮቱ ውእቱሰ ይትገመር በሥጋ ወውእቱሰ ኢይትረከብ ወኢይትገመር በመንፈስ ሰማያዊ ውእቱ ወውእቱ ምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ይትረከብ ወኢይትረከብ እስመ እግዚአብሔር ኮነ ብእሴ ፍጹመ ከመ የሐድሶ ለብእሲ ዘወድቀ በኃጢአት ምዕረ ዳግመ ።	2. ንሕና ክርስቲያን ግና፡ ንእግዚአብሔር ቃል ካብቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ኣይንፈልዮን ኢና። እኳ ደኣ እቲ ዓለም ከይተፈጥረ ዝነበረ ቀዳማዊ ወልድ ዋሕድ ምሳና ሓደ ክኸውን ከሎ፡ ምስ ሥጋ ከይተሓዋወሰን ከይተፈልየን ፍጹም ሓደ እዩ ንብል። ብድጎሪ እዚ ንኣና ንምድኃን ነፍሰን ሥጋን ስለዝወሰደ ነቲ ሥራሕ ሰብነት ፈጸመ። ብሥጋ ሞተ፡ ብመለኮቱ ግና ሞት የብሉን። ንሱ ብሥጋ ይውሰን እዩ፡ ብመለኮቱ ግና ኣይምርምርን ኣይወሰንን እዩ። ንሱ ሰማያዊ እዩ፡ ንሱ ውን ምድራዊ እዩ። ይረአ እዩ፡ ኣይርአን ድማ እዩ። ይምርመር እዩ ኣይምርመርን ድማ እዩ። ነቲ ብኃጢኣት ዝወደቐ ሰብ ሓንሳእ ከም ብሓድሽ ንኪሕድሶ እግዚአብሔር ፍጹም ሰብ ኮይኑ እዩ ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 1**
፫ እመቦ ዘይቤ ከመ ቅድስት ድንግል ማርያም ኢወለደቶለእግዚአብሔር ቃል በሥጋ ወዘወለደቶ ውዑእ ውእቱ እመለኮት ውጉዘ ለይኩን።	3. 'ቅድስት ድንግል ማርያም ንእግዚአብሔር ቃል ብሥጋ ኣይወለደቶን፡እቲ ዝወለደቶ ውን ኣምላኽነት ዘይብሉ እዩ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 2**
፬ እመቦ ዘይቤ ከመ ውእቱ ወፅአ እምድንግል ብእሲ ዕሩቅ እመለኮት ወኢይብል ከመ ለሊሁ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ ለርእሱ ባሕቲቱ ወውእቱ በመለኮቱ ንብረ ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ዘይደሉ ለመለኮቱ ወበትሰብእቱኒ ንብረ በከመ ሥርዓተ ፍጡራን ውጉዘ ለይኩን ።	4. 'ኣምላኽነት ዘይብሉ ዕሩቅ ብእሲ ካብ ድንግል ተወልደ' ዝብል፣ 'ብፍሉይ ኣካሉ ንኽዋሓዶ ውን ሥጋ ፈጠረ' ዘይብል፣ 'ኣምላኽ ብምኻኑ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ንመለኮቱ ዝግባእ ሥራሕ ሠርሐ' ዘይብል፣ 'ሰብ ብምኻኑ ሥራሕ ሕፃናት ሠርሐ' ዘይብል ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፭ እመቦ ዘይቤ ከመ ውእቱ ፈጠረ ብእሴ ወእምዝ ኃደረ ውስቴቱ እግዚአብሔር ቃል ውጉዝ ለይኩን ።	5. 'ንሱ ንሰብ ፈጠረ፡ ብድጎሪ እዚ ኣብኡ (ኣብ ፍጥሩ) እግዚአብሔር ቃል ኃደረ' ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።

ቃለ ግዘት ም ፻፸	ቃለ ግዘት ም 120
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፮ እመቦ ዘይቤ ከመ ዘተወልደ እምድንግል ኢኮነ ቃለ እግዚአብሔር ውጉዘ ለይኩን ።	6. ‘እቲ ካብ ድንግል ዝተወልደ እግዚአብሔር ቃል ኣይኮነን’ ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፯ እመቦ ዘያመጽእ ፪ተ ወልደ ፩ዱ እምእግዚአብሔር አብ ወካልእ እማርያም ድንግል ወአኮ ፩ዱ ውእቱ እምእግዚአብሔር ወእምድንግል ለይደቅ እምልደት ዘሰበከ ባቲ ለኅሩያኒሁ።	7. ‘እቲ ሓደ ወዲ እግዚአብሔር፡ እቲ ሓደ ኻኣ ወዲ ማርያም’ ብምባል ክልተ ወልድ ዝብል፣ ‘እቲ ካብ እግዚአብሔር ዝተወልደን ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደን ሓደ ኣይኮነን’ ዝብል እንተሎ፡ ካብቲ እግዚአብሔር ንፈተውቱ ዝነገሮም ውልድነት ይፈለ።
፰ ንሕነሰ ክርስቶሳውያን ይደልወነኬ ንበል በርትዕ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ዘእግዚአብሔር ወዘሰብእ ኅቡረ ወቦቱ ነፍስ ወሥጋ ወኢይትበሀል ፪ተ ህላዌያተ ወኢ፪ተ አካላተ ወኢ፪ተ አምላከ ወኢ፪ተ ሰብአ በእንተ ዘቦቱ ነፍስ ወሥጋ ወእመሰ ኮነ ከመዝ ይብሉ እንከሰ ፩ዱ ፪ቱ በእንተ ፪ቱ ብእሲ አፍኣዊ ወበእንተ ብእሲ ውሣጣዊ ሐሰ ለነ እምዝንቱ ወዘይደሉሰ ከመ ትትናገሩ ገሃደ ውእቱ ዝንቱ ፩ዱ ውእቱ መድኃኒነ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር አብ ዘተሠገወ እማርያም ድንግል።	8. ‘ንሕና ክርስቶሳውያን ግና እቲ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ብሓቂ ባህሪኡ ሓደ እዩ፡ ኣካሉ ሓደ እዩ፡ ገጹ ሓደ እዩ፡ ነፍስን ሥጋን ኣለዎ’ ክንብል ይግባእ። ክልተ ባህርያት፡ ክልተ ኣካላት፡ ክልተ ኣምላኽ፡ ከምኡ ውን ነፍስን ሥጋን ስለዘለዎ ኽልተ ሰብ ኣይበሃልን እዩ። ከምዚ ዝብልዎ እንተኾይኑ እምበኣር ነፍስን ሥጋን ክልተ ስለዝኾኑ እቲ ሓደ ሰብ ክልተ እዩ፤ ንኣናስ ካብዚ ትምህርት’ዚ ሕብረት የብልናን። ብጋህዲ ክትዛረብዎ ዝግባእሲ እዚ እዩ፡ ‘እቲ ካብ ድንግል ማርያም ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ዝኾነ ወልደ እግዚአብሔር **አብ** መድኃኒና ክርስቶስ ሓደ እዩ’ ምባል እዩ።
፱ ወዳእሙ ዝንቱሰ ኮነ በመንክር ምሥጢር ዘኢይትረከብ ወዘኢይትነገር ወለሊሁ ፩ዱ ውእቱ ዘያስተርኢ ምስለ ዘኢያስተርኢ ወዘአልቦቱ ዘመን ምስለ ዘቦቱ ዘመን ወኢኮነ ፪ተ አላ ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ።	9. እዚ ድማ ቡቲ ዘይንገርን ዘይምርመርን ድንቂ ተዋሕዶ ተገብረ ። እቲ ዘይረአ ንሱ ምስቲ ዝርኢ፡ እቲ ዘመን ዘይቀጸረሉ ምስቲ ዘመን ዝቕጸረሉ ሓደ ዝኾነ ንሱ ሓደ እዩ። እቲ ከይተለወጠ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን ።
ክፍል ፮	**ክፍሊ 6**
፲ እመቦ ዘይብል በእንተ እግዚአብሔር ቃል ይገብር በጸጋ ከመ ፩ዱ እምነቢያት ወኢያስተዋሕድ ፪ተ ህላዌያተ በሥልጣን ወበኵሉ ግብር ወከመ ለሊሁ ፈጠሮ ለዘተዋሐደ ወረሰዮ አሐደ ምስሌሁ ለይኩን ዕሩቀ እምፈቃደ እግዚአብሔር ቃል ወይኩን ፍጹመ ምስለ ፈቃደ ሰይጣን መስሐቲ።	10. ‘እግዚአብሔር ቃል ከም ሓደ ካብ ነቢያት ብጸጋ ተኣምራት ይገብር’ ዝብል፣ ነዞም ክልተ ባህርያት ብኵሉ ሥልጣንን ሥራሕን ሓደ ዘይገብርን፡ ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ባዕሉ ፈጢሩ ምስኡ ሓደ ገበሮ ዘይብልን፡ ካብቲ እግዚአብሔር ቃል ብፍቓዱ ዝህቦ ውልድነት ዝተፈለየ ይኹን፣ ምስቶም ፍቓድ መስሓቲ ሰይጣን ዝገብሩ ሓደ ይኹን።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፲፩ እመቦ ዘኢይሰግድ ለዘተሰቅለ ውጉዝ ለይኩን ወይትሜለቍ ምስለ ሰቃልያነ አምላክ።	11. ነቲ ዝተሰቕለ ዘይሰግድ እንተሎ ውጉዝ ይኹን፣ ምስቶም ንኣምላኽ ዝሰቕሉ ኣይሁድ ውን ይቑጸር።

ቃለ ግዘት ም ፻፳	ቃለ ግዘት ም 120
ክፍል ፷	**ክፍሊ 8**
፲፪ እመቦ ዘይበል ደለዎ ተሰምዮ አው ከዊነ ወልድ በምግባር ፍጹም እምድኅረ ጥምቀት አው እምድኅረ ትንሣኤሁ እምውታን በከመ ይብሉ ዐላውያን እመጻሕፍቲሆሙ ርኩሳን ውጉዝ ለይኩን ወዝንቱሰ ግብር ጥንቱ ለእከይ ወሐፃኢሁ ወፈጻሚሁ ውእቱ ይፈሲ ጥንተ ልደቱ ለፊ እማርያም ባሕቲቱ ወኢያአምን አምላክናሁ ለቃለ እግዚአብሔር ወልደቶ ቀዳማዌ ወሶበሂ ተሰምየ በዝንቱ ስም ከመዝ በእንተ ሥርዓት ውእቱ ።	12. ‘ብፍጹም ሥራሕ ድኅሪ ጥምቀት ወይ ድማ ከምቲ መናፍቃን ኣብቲ ርኹሰ መጻሕፍቶም ዝበልዎ ድሕሪ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ምትንሣኡ፡ ወልድ ምኻን ኮነ ወልድ ምባል ተገብአ’ ዝበል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። እዚ ነገርዚ ንኃጢኣት ዘመንጨወ ዝስፍሐን ዘዕበየን እዩ። እዚ ኽኣ ኑቲ ጥንተ ልደቱ ካብ ድንግል ማርያም ካብ ዝርከብ ንደኃር ጥራይ ይገብር። ኑቲ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ኣምላኽነትን ቀዳማዊ ልደቱን ከኣ የኽሕድ። እንተኾነ ግና በዚ ስምዚ ማለት ‘ወልድ’ ተባሂሉ ምጽውዑ ካብ **ኣብ** ስለዝተረኽበ እዩ።
ክፍል ፷፩	**ክፍሊ 9**
፲፫ እመቦ ዘይቤ ከመ ቃል ይትኤዘዝ ለሥጋ ወመለኮትሰ ዕሩቅ እምሥጋ ወፍሉጥ ወኢተዋሐደ ምስሌሁ ውጉዝ ለይኩን።	13. ‘ሥጋ ንቃል ይእዘዝ፡ መለኮት ውን ካብ ሥጋ ፈጺሙ ዝተፈልየ እዩ፡ ምስኡ ኣይተዋሓደን’ ዝበል እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።
ክፍል ፷	**ክፍሊ 10**
፲፬ እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋሁ አውረደ እምሰማይ ወአኮ እምዝየ እምኔነ ወባሕቱ ይትሌዐል እምኔነ ውጉዝ ለይኩን።	14. ‘ካብ ሰማይ ሥጋ ኣምጺኡ፣ ካብ ምድሪ ካብ ባህሪና ዝተረኽበ ኣይኮነን፡ ካባና ዝበልጽ እዩ’ ዝበል እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።
ክፍል ፷፩	**ክፍሊ 11**
፲፭ እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋሁ ለክርስቶስ ምትሐት ውእቱ ወለትሥጉትሂ አልቦቱ ልቡና ወአእምሮ ወኢይደልዎ ያድኅን ምንተኒ ውጉዝ ለይኩን ።	15.‘ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ምትሓት እዩ፡እቲ ዝተዋሓደ ሥጋ ውን ኣእምሮን ልብን የብሉን፡ ምንም ክድኅን ኣይክእልን እዩ’ ዝበል እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።
ክፍል ፷፪	**ክፍሊ 12**
፲፮ እመቦ ዘይበል ከመ ሥጋሁ ለክርስቶስ ዘይትቄደስ ዘሀሎ ውስተ ምሥዋዕ ዘቤተክርስቲያን ኦርቶዶክሳዊት ኢኮነ እሙነ ሥጋሁ አላ ምትሐት ውእቱ ወኢይቤ በአማን ሥጋ እግዚአብሔር ውእቱ ወኢኮነ ምትሐተ ወለሊሁ ቅዱስ ሐማሚ በሥጋ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ በመለኮቱ ኢየሐምም ወኢይመውት ወሀቤ ሕይወት ወቀዳሴሆሙ ለእለ ይነሥእዎ ውጉዝ ለይኩን ።	16. ‘ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ዝሥዋዕ ሥጋ ክርስቶስ ምትሓት እዩ እምበር ሓቀኛ ሥጋኡ ኣይኮነን’ ዝበል፣ ከምኡ ውን ብሓቂ ሥጋ እግዚኣብሔር እዩ፡ ምትሓት ኣይኮነን፡ ንሱ ብሥጋ ሓማሚ ብመለኮት ግና ሕማም ኮነ ሞት ዘይብሉ ቅዱስ እዩ፡ ንሱ ኣይሓምምን ኣይመውትን እዩ፡ ሕይወት ዝዕድል ኑዮም ዝኾበልዎ ውን ዘኽብሮም ንሱ እዩ’ ዘይብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።
ክፍል ፷፫	**ክፍሊ 13**
፲፯ እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋሁ ለክርስቶስ ሀለወ ምስሌሁ እምቀዲሙ ዕሩየ ምስለ መለኮት ወወረደ ምስለ እግዚአብሔር ቃል ወአኮ እማርያም ውጉዝ ለይኩን ።	17. ‘ እቲ ክርስቶስ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ጥንቲ ምስ መለኮት ሓደ ኮይኑ ሓቢሩ ነይሩ ምስ እግዚኣብሔር ቃል መጸ፡ ካብ ድንግል ማርያም ዝተረኽበ ኣይኮነን’ ዝበል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ተፈጸመ ቃለ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በሰላመ እግዚአብሔር አሜን ። !	ቃል ቅዱስ ጎርጎርዮስ ብሰላመ እግዚኣብሔር ተፈጸመ አሜን ። !
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ምዕራፍ ፻፳፩	**ምዕራፍ 121**
፩ ዛቲ ይእቲ ፲ቱወ፪ቱ ክፍል እንተ ዘነበበ ባቲ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ ወተጽሕፈት ዛቲ መጽሐፍ በኤፌሶን እምጉባኤ ቅዱስ ።	1. ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ዝተዛረባ 12 ክፍሊ ቃለ ግዘት እዚኣ እያ፣ እዚኣ ውን ኣብ ኤፌሶን ኣብ ዝተገብረ ቅዱስ ጉባኤ ዝተጻሕፈት እያ ።
ክፍል ፩	**ክፍሊ 1**
፪ እመቦ ዘኢይትአምን ከመ አማኑኤል አምላክነ ዘበአማን አምላከ ጽድቅ ውእቱ ወድንግልኒ ወለደቶ በሥጋ ለአምላክ ቃል ወቃልሂ አምላክ ኮነ ሰብአ ፍጹመ ውጉዘ ለይኩን ።	2. ናይ ባህርይ ኣምላኽ ፈጣሪና ኣማኑኤል ፍጹም ኣምላኽ ከምዝኾነ፣ ድንግል ውን ንኣምላኽ ብሥጋ ከም ዝወለደቶ፣ ኣምላኽ ቃል ኸኣ ፍጹም ሰብ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
፫ ትርጓሜ አበዊነ ብፁዓን በዘመን ዘተጋብኡ በሀገረ ኒቅያ ከመ ያጽንዑ ሃይማኖተ ርትዕተ ይቤሉ ከመዝ ነአምን በ፩ዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ፈጣሬ ኵሉ ግቡራት ዘያስተርኢ ወዘኢ.ያስተርኢ ወነአምን በ፩ዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልዱ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ዘዕሩይ ምስሌሁ ።	3. ትርጓሜ፣ ብፁዓን ኣቦታትና ነዛ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንኽጽንዑ ኣብ ኒቅያ ኣብ ዝተኣከቡሉ ዘመን ከምዚ በሉ፦ ቡቲ ዝረአን ዘይርአን ኵሉ ፍጥረት ዝፈጠረ፡ ንኾኑ ፈጢሩ ውን ዝገዝእ ሓደ እግዚኣብሔር **አብ** ንኣምን፣ ቡቲ ሓደ ጕይታ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ንኣምን፣ ቡቲ ምስኡ ትኽክል መድኃኒ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ድማ ንኣምን ።
፬ ወእለሰ ይብሉ በእንቲአሁ ከመ ቃል ሠረቀ ድኅረ እምአብ ውጉዛን እሙንቱ ዘቦቱ ኮኑ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ እምዘኮነ ዘውእቱ ብርሃን ዘእምብርሃን አምላከ ጽድቅ ዘእምአምላከ ጽድቅ ወበደኃሪ መዋዕል ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ሐመ ወሞተ ወተንሥአ እሰመ ለሊሁ አምላክ ውእቱ ዘኢይትዌለጥ በህላዌሁ ።	4. ‘ቃል ብድኅሪ **አብ** ተረኽበ’ ዝብሉ ግና ውጉዛት እዮም። ኵሉ ብእኡ ተፈጥረ፡ ካብቲ ኵሉ ዝተፈጥረ ፍጥረት ውን ንሱ ዘይፈጠሮ የልቦን፣ ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ካብ ባህርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ንሱ ኣብ ዳኅራዋይ ዘመን ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኮነ፡ ሓመመ፡ ሞተን ተንሥኣን፣ ከመይ ንሱ ብባህሪኡ ዘይልወጥ ኣምላኽ እዩ ።
፭ ዝንቱ ውእቱ ዋሕድ ቃለ አብ ዘነሥአ ሎቱ ሥጋ እምዘርአ አብርሃም በከመ ይቤ ብፁዕ ሐዋርያ ጳውሎስ እስመ ውእቱ ተሳተፈነ በሥጋ ወደመ ወተወልደ በሥጋ እምድንግል ወአስተርአየ ከዊኖ ሰብአ ፍጹመ ከማነ ወኢ.ፈለሰ መለኮት ለከዊነ ትስብእት አላ ህልው ውእቱ በዘነበረ ባቲ በህላዌ መለኮት በሰብሐት ወኢ.ይትመየጥ ለግሙራ።	5. ከምቲ ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ፡ ካብ ባህርይ ኣብርሃም ሥጋ ወሰደ፡ ናይ **አብ** ኣካላዊ ቃል ወልድ ዋሕድ ንሱ እዩ። ንሱ ብነፍስን ብሥጋን መሲሉና እዩ እሞ ካብ ድንግል ብሥጋ ተወልደ፣ ከማና ፍጹም ሰብ ኮይኑ ተራእየ። መለኮት ናብ ሥጋ ምኳን ኣይተለወጠን። ቡቲ ቀደም ዝነበሮ ባህርየ መለኮቱ ደኣ ጸኒዑ ብኽብሪ ይነብር እምበር ፈጺሙ ኣይልወጥን እዩ።
፮ ወሶበሂ ንቤ ኮነ ሰብአ ኢተወለጠ ህላዌ ትስብእቱ ለከዊነ መለኮቱ አላ ውእቱሰ ከመ ውእቱ ህልው እስከ ለዓለም ወለሊሁ በፈቃዱ ሐመ ኢ.ኀመጽእ ተፋልሶተ ማዕከለ መለኮቱ ወሥጋሁ።	6. ሰብ ኮይኑ እንተበልና ውን ባህርየ ትስብእት ናብ መለኮት ምኳን ኣይተለወጠን። ንሱስ ንዘለዓለም ጸኒዑ ደኣ ይነብር። ንሱ ብፍቓዱ ሓመመ፣ ኣብ መንጎ መለኮቱን ሥጋኡን ተፋልሶ ኣሎ ኣይንብልን።
፯ ወንብል በእንተ ሥጋሁ ቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወማሕየዊት ወረሲያ ፩ደ ምስለ ቃል ወውእቱ ይትሌዐል እምልቡናነ ወኢ.ንክል ረኪቦቶ አላ ባሕቱ በከመ የአምር ለሊሁ ሠርዐ ዘንተ ሥርዓተ ለርእሱ ወህልው ባሕቲቱ ፍጹም	7. ብዛዕባ ሥጋኡ ውን፡ ለባዊት ነባቢትን ሕያዊትን ነፍሲ ኣላቶ፣ ምስ ቃል ውን ሓደ ገበራ፣ እዚ ኸኣ ልዕሊ ኣእምሮና እዩ፡ ክንበጽሖ ውን ኣይንክእልን ኢና፣ ንሱ ከምዝፈልጦ ደኣ ንርእሱ ነዚ ሥርዓት’ዚ ሠርዐ እምበር። ንሱ ምስቲ ብዝተፈልየ ኣካሉ ዝተዋሓደ ሥጋ ሓደ ኮይኑ ይነብር። ብዘይምልዋጥን

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
በሥጋሁ ወአምላክ ውእቱ በመለኮቱ ፭ዱ ምስለ ትሰብእቱ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ ወውእቱ ወልዱ ዋሕድ ለእግዚአብሔር አብ ዘውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።	ብዘይ ምፍልላይን ምስቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓደ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እየ። ንሱ ንእግዚኣብሔር **አብ** ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወዱ እየ፣ ንሱ ድማ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እየ።
፰ ወውእቱ ለሊሁ ህልው እምቅድመ አዝማን ወእምቅድመ ኵሉ መዋዕል ቃል አምላክ ወንለቡ ዓዲ ከመ ለሊሁ ቃሉ ወብርሃነ አካሉ ውእቱ ለአብ ወህልው ምስሌሁ እምቅድመ መዋዕል ወአዝማን ወበደኃሪ መዋዕል ኮነ ሰብአ በእንቲአነ በሥርዓት ሠናይ ወይእዜኒ ቦ ሰብእ እለ ኢይትዌከፉ ልደቶ በሥጋ ዘኮነ እምድንግል በእንተ መድኃኒተ ኵሉ ዓለም ወኢተሰምየ ከመ ሊቅ ለከዊነ አምላክ አላ ኮነ ከማነ ከመ ይባልሐነ እሞት ወጎጕል ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ።	8. ቅድሚ ዘመንን ቅድሚ ዕለትን ዝነበረ ኣምላኽ ቃል ንሱ እየ። ከምኡ ውን ንሱ ንአብ ቃሉ፡ መፈለጢ ኣካሉ ከምዝኾነ፣ ቅድሚ ኵሉ ዘመንን ዕለትን ምስኡ ከምዝነበረ ንፍለጥ። ብዳጎራይ ዘመን ድማ ቡቲ ዘደንቕ ሥራሕ (ተዋሕዶ) ምእንታና ሰብ ኮነ። ሕጂ ውን ነቲ ምእንቲ ድኅነት ኵሉ ሰብ ካብ ድንግል ብሥጋ ዝተገበረ ልደቱ ዘይኣምኑ ኣለዉ። ኣምላኽ ንኽበሃል ጸኒሑ ጸኒሑ ገዛኢ ኣይኮነን፣ እኳ ደኣ ካብ ሞትን ፍዳን ንከድኅነና ኣምላኽ ከማና ሰብ ኮነ፡ ብዘይ ወለሓንቲ ኃጢኣት ንኣና ዝኸውን ኵሉ ፈጸመ።
፱ ወእንበይነ ዝንቱ ኮነ ዝንቱ ግዘት ቀዳሚ በእንተ ሃይማኖት ሙሰንት እንተ ዘዐላውያን እምትምህርተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ጉባኤ ዘሐዋርያት ወንሕነሰ ክርስቶሳውያን ነአምን በሃይማኖት ርትዕት ከመ አማኑኤል አምላክ ውእቱ ወበእንተ ዝንቱ ተሰምየት ድንግልሂ ወላዲተ አምላክ ይእቲ።	9. በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ነቶም ካብ ትምህርቲ ናይታ ሓዋርያት ዝኣኸበዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ወፂኦም ሃይማኖት ዝልውጡ ሰባት እዚ ናይ መጀመርታ ግዝት ተገብረ። ንሕና ክርስቶሳውያን ግና ብቅንዕቲ ሃይማኖት ኣማኑኤል አምላኽ ከምዝኾነ ንኣምን፣ በዚ ኸኣ ድንግል፣ ወላዲት ኣምላኽ ተባህለት።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፲ እመቦ ዘኢይትአመን ከመ ቃል አምላክ ዘመጽአ እምአብ ኮነ ፭ደ ምስለ ሥጋ በ፭ዱ አካል ወበ፭ዱ ህላዌ ወበ፭ዱ ገጽ ወክርስቶስኒ ፭ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋሁ ወውእቱ አምላክ ወሰብእ ኀቡረ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ ወዘንቱሰ ብፁዕ ጳውሎስ ዘኮነ ካህነ ለምሥጢራት ዓበይት እንተ ዘመንፈሰ ቅዱስ ጸሐፈ ገሃደ ከመዝ እንዘ ይብል እስመ ምሥጢረ ጎሩትሰ ዓቢይ ውእቱ ዘአስተርአየ ለነ በሥጋ ወጽድቀ በመንፈሰ ወአስተርአየ ለመላእክት ወሰበኩ ቦቱ በውስተ አሕዛብ ወአምነ ቦቱ ኵሉ ዓለም ወዐርገ በስብሐት በዝኩ ዘአስተርአየ። ፩ጢሞ ፫፡፲፮ ።	10. እቲ ካብ **አብ** ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ተወሊዱ ዝመጸ ኣምላኽ ቃል ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ሓደ ገጽ ብምኻን ምስ ሥጋ ሓደ ከምዝኾነ፣ ክርስቶስ ውን ምስቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሓደ ከምዝኾነን ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላክ ከምዝኾነን ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ናይቲ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተረኽበ ምሥጢር በዓል ቤት ዝኾነ እዚ ብፁዕ ጳውሎስ ውን ብግልጺ ከምዚ እናበለ ጸሓፈ፥ 'ለውሃቱ ንምግላጽ ዝገበሮ ሥጋዊ ግሩም እዩ፣ ብሥጋ ዝተገልጸልና ንሱ እዩ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተፈልጠ፡ ንመላእኽቲ ተገልጸ፡ ኣብ መንጎ ኣሕዛብ ብስሙ መሃሩ፡ ኮሎ ሰብ ኣመኖ፡ ቡቲ ዝተገልጸሉ በዚ ሥጋ እዚ ድማ ብኽብሪ ዓረገ ።'1ይ ጢሞ. 3፡16።
፲፩ ወለሊሁ ቃል ዘእምአብ ሥጋ ኮነ አኮ በተፋልሶ ወኢበውላጤ እምህላዌሁ በከመ አቅደምነ ወንቤ አላ ረሰዮ ፭ደ ምስሌሁ ዘውእቱ አምላለ ሥጋ ዘፈጠረ ሎቱ እምድንግል ወውእቱኒ ዓዲ አምላክ ቃል ከመ ይኩን ፭ደ ምስለ ሥጋ ወ፭ደ ወልደ ወ፭ደ እግዚአ ወ፭ደ መሢሐ ወእምቅድመ ይኩን	11. ካብ **አብ** ዝተረኽበ ንሱ ቃል ሰብ ኮነ፣ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ሰብ ዝኾነ ውን ካብ ባህሪኡ ብምልዋጥን ብምፍላስን ኣይኮነን። እኳ ደኣ ምስኡ ሓደ ገበሮ። እዚ ድማ እቲ ንኽዋሓድ ካብ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ባህርየ ሥጋ እዩ። እቲ ኣምላኽ ቃል ሕጂ ውን ንሱ እዩ፣ ሥጋ ተዋሒዱ ሓደ

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ሰብአ ውእቱሰ ቃል እንበለ ሥጋ ወእምድኅረ ነሥአ ሥጋ ኮነ አምላከ ወሰብአ ፍጹመ ኢንፈልጦ ወኢንፌሰዮ ለብእሲ ዘእማርያም ለፌ ባሕቲቱ ወለቃልሂ አምላክ ለፌ ባሕቲቱ ከመ ኢየሐልይዎ ሰብአ ወኢንክል ንረስዮ ለአምላክ ቃል በባሕቲቱ ፍሉጠ እምትሰብእቱ በብሂሎትነ ፪ቱ ህላዌያተ ዘውእቶሙ መለኮታዊ ወትሰብእታዊ አላ ንሔልዮ ወነአምን ከመዝ ገሀደ ከመ ለሊሁ ክርስቶስ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወእግዚአብሔር ውእቱ።	ወልድ፡ ሓደ ጕይታ፡ ሓደ ክርስቶስ ንክበሃል እዩ። ሰብ ከይኮነ ከሎ እቲ ቃል ሥጋ ኣይነበሮን፡ ሥጋ ድኅሪ ምውሳዱ ግና ኣምላኽን ሰብን ሓደ ኾነ። ዕሩቅ ብእሲ እዩ ምእንቲ ከይብሉ ኣይንኸፍሎን ኢና። ነቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ሓደ ወገን ንበይኑ፡ ነቲ ኣምላኽ ቃል ድማ ሓደ ወገን ንበይኑ ኣይንገብሮን ኢና። ክልተ ባህርያት (መለኮትን ትሰብእትን) ኢልና ነቲ ኣምላኽ ቃል ካብቲ ዝወሰዶ ሥጋ ንበይኑ ክንከፍሎ ኣይከኣልን እዩ። እኳ ደኣ መርሚርና ንሱ ክርስቶስ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ፡ ኣምላኽ ውን ከምዝኾነ ብግልጺ ንኣምን።
፲፪ ወእለሰ ኢየአምኑ ከመዝ እሎንተ ቃላተ ይከፍልዎ ለፌዱ ኀበ ፪ቱ በበይናቲሆሙ እሉ ዘኮኑ ፩ደ በተዋሕዶ እሙን ወይሁቡ ክብረ ዘከመ ይትፋለሰ ኮሉ ፩ዱ ፩ዱ እምህላዌያት ኀበ ካልእ ወባሕቱ ንሕነሰ መሢሓውያን ንብል ገሃደ በሃይማኖት ርትዕት ወጽድቅት ወንጽሕት ከመ እሉ ነኪራን እምኔሁ እለ ይብሉ ከመዝ ወሶበሂ ተሰምየ ሐዋርያ አው ተብህለ በእንቲአሁ ከመ ቅቡዕ ውእቱ ወተሰምየ ወልደ አምላክ ኢነኀፍር ንሕነ እምሥርዓተ መድኀንን ወንብል በእንቲአሁ ከመ አምላክ ቃል ለሊሁ ውእቱ ዘመጽአ እምኀበ አብ ወሶበ ኮነ ሰብአ ከማነ ተሰምየ ሐዋርያ ወተቀብዐ ምስሌነ ከመ ሥርዓተ ትሰብእት ።	12. እቶም ከምዚ ኢሎም ዝዛም ቃላት ዘይኣመኑ ግና ነቲ ሓደ ፈልዮም ናብ ክልተ ይኸፍልዎ። ባህርያት፡ ብሓቀኛ ተዋሕዶ ሓደ ዝኾኑ እዮም። ነፍሰ ወከፍ ኮሉ ካብ ባህርያት ኣብ ሓደ ከምዝኾደረ ብምግባር ምብልላጽ ይህቡ። ንሕና ክርስቲያን ግና በታ ቅንዕትን ርድእትን ንጽሕትን ሃይማኖት ጸኒዕና፡ እቶም ከምዚ ዝብሉ ካብኡ ፍሉያት ምኳኖም ብግልጺ ንነግር ኣሎና ። ሓዋርያ እንተተባህለ፡ ወይ ክርስቶስ ከምዝኾነ እንተተነግረ፡ ወይ ውን ወዲ ኣምላኽ እንተተባህለ፡ ንሕና ቡቲ መድኀን ክርስቶስ ዝፈጸሞ ሥርዓት ኣይንኃፍርን ኢና። ካብ ኣብ ተወሊዱ ሰብ ዝኾነ ንሱ ኣምላኽ ቃል ከምዝኾነ ንነግር ኣሎና፣ ከማና ሰብ ውን እንተኾነ ሓዋርያ ተባህለ፡ ንሰብኣት ከምዝግባእ ውን ከማና መሢሕ ተባህለ።
፲፫ ወዘሂ ኮነ ከማነ ውእቱኒ ዓዲ ኢያስተሐቀረ ዘዚአነ ውእቱ ህልው ወኢይትፈለጥ እንከ እምትሰብእቱ ዘነሥኦ እምኔነ በእንተ ሥርዓት ወኢይትዌለጥ እምዐቅመ ሰብእናሁ ወኢይፈልስ ዓዲ እምህላዌ መለኮት ክብርት ወልዕልት ምንተኒ ለግሙራ አላ ውእቱሰ ቀዳማዊ ውእቱ ሠምረ ወኮነ ሰብአ በፈቃዱ ወውእቱ እግዚአብሔር አኃዜ ኵሉ ፍጥረት ዘሰማያውያንሂ ወምድራውያን ።	13. ከምኡ ድማ ከማና ሰብ ዝኾነ ንሱ ነቲ ናትና ባህርይ ንዒቁ ኣይኃደጎን። ንሱ ብባህሪኡ ጸኒዑ ይነብር። እምበኣር ሰለዝተዋሓዶ ካብቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ኣይፍለን እዩ። ሰብ ካብ ምኳን ውን ኣይልወጥን እዩ። ካብታ ልዕልትን ክብርትን ዝኾነት ባህርየ መለኮት ውን ንዘለዓለም ብፍጹም ኣይፍለን እዩ ። ንሱስ ቀዳማዊ እዩ፡ ብፍቓዱ ውን ፈትዩ ሰብ ኮነ። ሰማያውያንን ምድራውያንን ውን እንተኾኑ ንኵሉ ፍጥረት ፈጢሩ ዝገዝእ ኣምላኽ ንሱ እዩ።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፲፬ እመቦ ዘይከፍል ህላዌያተ ወአካላተ እንተ ዘ፩ዱ እግዚእነ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ አው ይሬሲ አካለ ክርስቶስ ፪ተ እምድኅረ ተዋሕዶ ወይብል እስመ ተላጽቆቶሙ ተላጽቆተ ክብር ወሰላም ወኃይል ውእቱ ወኢኮነ ዝንቱ ተዋሕዶ ህላዌ እንበለ ፍልጠት ወኢውላጤ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ እስመ ለምሥጢረ ሥርዓትሰ እንተ ዘዋሕድ	14. ናይቲ ሓደ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባህርይን ኣካልን ናብ ክልተ ዝኸፍል እንተሎ፣ ወይ ድኅሪ ተዋሕዶ ንኣካለ ክርስቶስ ክልተ ዝገብር፡ 'እቲ ሓድነቶም ናይ ክብሪ ናይ ፍቕሪ ናይ ኃይሊ እዩ እምበር እዚ ሓድነትዚ ምፍላይን ምልዋጥን ዘይብሉ ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ኣይኮነን' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ናይ ክርስቶስ ናይ ተዋሕዶ ምሥጢር ብዘይምርመር ግብሪ ከምዝኾነ

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ንሕነ ንሌብዎ በሰብሐት ዘኢይትረከብ ወንብል ከመ ውእቱ ኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ዘቦቱ ነፍሰ ነባቢት ወለባዊት ወማሕየዊት ዘውእቱ አምላክ ቃል እንተ ዘአብ ወ፩ዱ ውእቱ ከመ ክርስቶስ ኢየሱስ ወልድ ዋሕድ ቀዳማዊ ዝንቱ ዘይደሉ ከመዝ ንበል በእንቲአሁ ።	ንፈልጦ ኢና። ሕጂ ውን ምስቲ ለባዊት ነባቢት ሕያዊት ነፍሲ ዘላቶ ሥጋ ሓደ ኾነ ንብል፣ እዚ ኸኣ ካብ **አብ** ዝተረኽበ ኣምላኽ ቃል እዩ። እቲ ብዛዕባኡ ከምዚ ኽንብሎ ዝግብኣና፥ እዚ ብቕድምና ዝነበረ ሓደ ወልድ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮኑ ጊዜ ሓደ እዩ ።
፲፫ ወባሕቱ በሰብእ እለ ኢይትአመኑ ከመዝ በከመ አመነ ንሕነ ወእለ ይብሉ በዕበዶሙ ውእቱሰ ብእሲ ፍሉጥ በባሕቲቱ ተላጸቀ በአምላክ ቃል ዘሠረቀ እምአብ በክብር ወበሥልጣን ወአኮ በተዋሕዶ አማናዊ ወይብል መጽሐፍ በእንቲአሆሙ እስመ እሉሰ ኮኑ ውሉደ ለመዓት በፈቃዶሙ ወእለሰ ይፈልጡ ይእዜ ህላዌያተ እምድኅረ ተዋሕዶ ወይሬስይዎ ለቃለ አብ በለፊ ወለክርስቶስሂ በለፊ ፍሉጥ በባሕቲቱ ወያመጽኡ ተፋልሶ ዘሰብእ ወዘአምላክ ወእሙንቱሰ ይሔልዩ በዕበዶሙ ከመ ተላጽቆቶሙ ተላጽቆት እመንገለ ክብር ውእቱ ባሕቲቱ ወይብሉ ፪ተ ወልደ ወ፪ተ ህላዌ ውጉዛን እሙንቱ ወሰዱዳን እምትምህርተ አበዊነ ቅዱሳን ርቱዓነ ሃይማኖት እለ ርዕዩ ቤተ ክርስቲያኑ በጽድቅ ወበርትዕ።	15. እንተኾነ ግና ከምቲ ንሕና ንኣምኖ ‘ሓደ’ ኢሎም ዘይኣምኑ፡ ቡቲ ኣእምሮ ምስኣናም ውን ‘ንሱስ ብኣማናዊ ተዋሕዶ ኣይኮነን፡ ምስቲ ካብ **አብ** ዝተረኽበ ኣምላኽ ቃል ብኽብሪ ብሥልጣን ሓደ ዝኾነ ዕሩቕ ብእሲ እዩ’ ዝብሉ ኣለዉ። ብዛዕባኡም መጽሓፍ፥ ‘ብፍቓዶም ውሉድ ጥፍኣት ኮኑ’ በለ። ሎሚ ውን ድኅሪ ተዋሕዶ ንባህርያት ዝኸፋፍሉ፣ ንቃለ **አብ** ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን፡ ንክርስቶስ ድማ ፈልዮም ንበይኑ ናብ ሓደ ወገን ዝገብሩ፣ ናይ ሰብ፡ ናይ ኣምላኽ እናበሉ ፍልልይ ዘምጽኡ፣ እዚኣቶም ኣእምሮ ብምስኣናም፥ ‘እቲ ሓድነቶም ብኽብሪ ጥራይ ዝኾነ ሓድነት እዩ’ ብምባል ዝዛረቡ፣ ‘ክልተ ወልድ ክልተ ባህርይ’ ዝብሉ እዚኣቶም ውጉዛት እዮም። ካብ ትምህርቲ እቶም ብሓቅን ቕንዕናን ንቤተ ክርስቲያን ዝጓሰዩ ርቱዓነ ሃይማኖት ቅዱሳን ኣቦታትና ውን ፍሉያት እዮም ።
፲፬ እስመ መጽሐፍሰ ይብል ከመዝ ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ወእምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትከፈል ወዘኢይትነገር ተሰምየ አማኑኤልሃ ኀበ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወኮነ ሰብአ ዘእንበለ ፍልጠት በተዋሕዶ ፍጹም ከማነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ንሕነሰ ነአምን በአምላክ ቃል እንተ ዘአብ ወሶበሂ ንቤ በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ኮነ ሰብአ ኢይወድቅ እመዓርገ መለኮት ወንሕነ ነአምን ወንብል ከመ ውእቱ ሶበ መጽአ ኀቤነ በሥርዓቱ ሠናይ።	16. መጽሓፍ ግና ‘ሓደ ወልድ ሓደ ጉይታ እዩ’ይብል። ድኅሪቲ ዘይንገርን ዘይኽፈልን ተዋሕዶ፡ ምፍላይ ብዘይብሉ ፍጹም ተዋሕዶ ብዘይ በይና ኃጢኣት ከማና ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር ቃል ኣማኑኤል ተባህለ። ንሕና ቡቲ ካብ **አብ** ዝተረኽበ ቃል ኣምላኽ ንኣምን። ንሱ ሰብ ኮነ እንተ በልና ውን ካብ መዓርገ መለኮት ኣይወርድን እዩ። ንሕና ድማ ኖቲ ናትና ባህርይ ተዋሒዱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ፥ እቲ ሰብ ምኻኑ ብባህርይ ተዋሕዶ እዩ’ ኢልና ንኣምን ።
፲፭ እስመ ዘኢይትከፈል ተዋሐደ ወለዘኢያስተርኢ ርእይዎ እስመ ለሥጋ ዘነሥአ ረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ ወኢኮነ ነኪረ እምኔሁ ለሥጋ ዘያስተርኢ አላ ነሥአ እም እንተ ይእቲ እምዘመድነ እግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወእለሰ ኢየአምኑ ከመዝ ይፈልጥዎ ለ፩ዱ ህላዌ ዘእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኀበ ፪ቱ አካላት እምድኅረ ተዋሕዶ በከመ ንቤ ይብሉ ተላጽቆት ባሕቲቱ በክብር ወግዘትሰ ርኁቅ እምዘልማዱ ርትዕ እስመ ልማዱ ለግዘት ሥዩም ውእቱ ላዕለ እለ ይነብቡ ከመዝ ።	17. ምኽንያቱ እቲ ዘይክፈል ተዋሓደ፣ ኖቲ ዘይረአ ውን ርኢይዎ፣ ኖቲ ዝወሰዶ ሥጋ ምስኡ ሓደ ገበሮ፣ ካብ ዝርአ ሥጋ ውን ኣይተፈልየን። ካብታ ወገንና ዝኾነት እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ወሲዱ ተዋሓደ እምበር። ከምዚ ሓደ ኢሎም ዘይኣምኑ ግና ‘እቲ ሓድነት ጎበረት ክብሪ ጥራሕ እዩ ይብሉ’ ከምዝበልና፣ ኖቲ ናይ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ ድኅሪ ተዋሕዶ ናብ ክልተ ባህርይ ናብ ክልተ ኣካል ይኸፍልዎ፣ ግዘት ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ኮኑ ጊዜ ‘ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ’ ዝብሉ ሰባት ጽኑዕ ክኸውን ከሎ፣ ካብቲ ‘ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ’ ኢሉ ዝኣምን ግና ርሑቕ እዩ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፲፰ እመቦ ዘያመጽእ ፪ቱ አካላተ ካልአ አው ፪ቱ ገጻተ አው ፪ቱ ህላዌ ካልአ እምዘነበቡ ባቲ ወንጌላውያን ወሐዋርያት ሰባኽያን ወዘነበቡ ባቲ ጻድቃን በእንተ ክርስቶስ አው ሰብእ ዘይሔሊ ከመ ለሊሁ ብእሲ ባሕቲቱ ነኪር እምነ አምላክ ቃል አው ሰብእ ዘይሔሊ ከመ ውእቱ ብእሲ ውዑእ ወፍሉጥ እምአምላክ ቃል ባሕቲቱ ውጉዘ ለይኩን ትርጓሜ ዘውእቱ በአርአያ ወሰብሐተ እግዚአብሔር ቃል ዘመጽአ እምኀቤሁ ወአኮ ተማሥጦት ዘኮነ ውስቴቱ ዕሪናሁ ለእግዚአብሔር ቃል ምስለ አቡሁ በከመ ጽሑፍ አላ ባሕቲቱ ወረደ ወኮነ ሰብአ ከማነ በዘለነ በፈቃዱ ወኢተወለጠ እምዘነበረ ባቲ ወለሊሁ አምላክ ዓዲ ወይሔሉ በምልክናሁ። ፊልጵ ፪፡፭-፰ ።	18. ብዛዕባ ክርስቶስ ካብቲ ወንጌላውያን ሰባኽያን ሓዋርያት ዝመሃርዎ ትምህርቲ ከምኡ ውን ካብቲ ቅዱሳን ኣበው ዝበልዎ ወፃኢ ካልእ ኣምጺኡ 'ክልተ ኣካል ክልተ ገጽ ክልተ ባህርይ' ዝብል እንተሎ፣ ወይ ድማ ንሱ ካብ ኣምላኽ ቃል ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ከምዝኾነ ዝዛረቡ ሰባት እንተለዉ፣ ከምኡ ውን ምስ ኣምላኽ ቃል ፈጺሙ ዘይተዋሓደ ንበይኑ ዘሎ ሰብ ከምዝኾነ ዝዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ እዚ ድማ እቲ ካብኡ ካብ እግዚኣብሔር ተላኢኹ ዝመጸ ንእብ ብመልክዕ ዝመስሎ ብባህርይ ዝተኻኸሎ ቃል እዩ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን እግዚአብሔር ቃል ንኣቦኡ ብመልክዕ ዝመሰለ ብጕይትነት ዝተመዓራረየ መንዚዑ ኣይኮነን። ብዝተፈልየ ኣካሉ ብፍቓዱ ወሪዱ ቡቲ ናትና ባህርይ ከማና ሰብ ኮነ፣ ካብቲ ዝነበሮ ጕይትነት ኣይተለወጠን፣ ሕጂ ውን ንሱ ኣምላኽ እዩ፡ ብኣምላኽነቱ ድማ ጸኒዑ ይነብር። ፊልጲ.. 2፡6-8።
፲፱ ወበከመ ፍጹም ውእቱ በመለኮቱ ወዓዲመ ፍጹም ውእቱ በትሰብእቱ ወኢያስተደኀረ እምዐቅመ ሰብእ ወኢያትረፈ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወፈጸመ ኵሎ ዘትሰብእትሂ ወዘመለኮትሂ እስመ ቅድስት መጽሐፍ ትነግር ወትሰብክ በዘንቱ እንበለ ፍርሃት ወኢተኀፍር ብሂል ኮነ አምላከ ሰብአ ወፈጸመ ኵሎ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወሶበ ኢፈጸመ ዘይደልዎ ለትሰብእት እምኮኑ ይብልዎ ኮነ በኵርሕ ከማነ ወባሕቱ እስመ ቃላትሰ እለ ሀለዉ በወንጌላት እንበይነ መለኮቱ ወትሰብእቱ ያበጽሑ ፭ደ አካለ ወ፭ደ ገጸ ወ፭ደ ህላዌ በእንተ ክርስቶስ አምላክነ ወንሕነኒ ነአምን ከመ ፭ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ዝውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ አምላክነ ወዘተሠገወ ቃል አምላክ ከማነ ኮነ ሰብአ ፍጹመ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ። ዮሐ ፩፡፩-፲፰ ። ፫፡፱-፲፱ ።	19. ብመለኮቱ ፍጹም ከምዝኾነ ከምኡ ውን ብሰብነቱ ፍጹም እዩ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ካብቲ ንሰብ ዝግባእ ዋላ ሓደ ነገር ኣየትረፈን። ኵሉ ናይ ኣምላኽነትን ናይ ሰብነትን ሥራሕ ሠርሐ። ቅድስቲ መጽሓፍ ነዚ ብዘይ ፍርሃት ትምህርን ትናገርን እዩ። 'እግዚኣብሔር ሰብ ኮነ፡ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ንኹሉ ናይ ሰብ ሥራሕ ፈጸመ' ኢላ ንምዝራብ ኣይትኃፍርን እያ። ንሰብነት ዝግባእ እንተዘይሠርሕ፡ ብግዲ ከማና ዝበለ ሰብ ኮነ ምበልዎ ነይሮም። እንተኾነ ግና ብዛዕባ ኣምላኽነቱን ሰብ ምኻኑን ኣብ ወንጌል ዝተጻሕፉ ቃላት፡ ንፈጣሪና ክርስቶስ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ የረድኡና። ንሕና ውን ወልድ ዋሕድ ሓደ ከምዝኾነ ንኣምን። ንሱ ድማ ኣምላኽና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፣ ከማና ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ቃል ብዘይ በይና ኃጢኣት ፍጹም ሰብ ኮነ። ዮሓ. 1፡1-18። 3፡9-19 ።
፳ ወሶበሂ ናዜክር እንተ ዘትሰብእቱ ንሔሊ ዓዲ በእንተ መለኮቱ ወትሰብእትሂ ሎቱ ውእቱ ወሶበሂ ንትናገር ከመ አምላክ ነአምን ቦቱ ከመ ለሊሁ አምላክ ውእቱ ወኮነ ሰብአ ወተፈጸመ ቃላቲሁ ከመ ፭ዱ መሢሕ ውእቱ ወ፭ዱ ወልድ ዘበአማን ወእለሰ ያመጽኡ ፪ቱ ህላዌያተ ወ፪ቱ አካላተ ይሔልዩ ከመ ፪ቱ ውእቱ በከመ ንሕነ እንለ እመሕያው ኢይትከህል ይፍልጡነ ኀበ ፪ቱ ህላዌያት ወኢኀበ ፪ቱ አካላት በእንተ ዘኮነ ንሕነ	20. ኣብቲ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር እንዛረበሉ ጊዜ ውን ነቲ ነገረ ኣምላኽነቱ ክንዛረብ ኢና። ሥጋ ገንዘቡ እዩ፣ ኣምላኽ ከምዝኾነ ኣብ እንዛረበሉ ውን ንሱ ካብ ጥንቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ደጋር ግና ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን። እቲ 'ሓደ ክርስቶስ፡ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ሓደ ወልድ ከምዝኾነ' ዝተዛረቦ ቃላቱ ተፈጸመ። እቶም ክልተ ባህርይ ክልተ ኣካል ዝብሉ ግና ክልተ ከምዝኾነ ይዛረቡ። ከምቲ ንሕና 'ሓደ ሰብ' ንበሃል እምበር ካብ ነፍስን ሥጋን ስለዝተፈጠርና ንኣና ሰባት ናብ ክልተ ኣካል

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
እምነ ነፍሰ ወሥጋ ዳእሙ ፩ዱ ብእሲ ንሕነ ከማሁኬ ዓዲ አማኑኤል አምላክነ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ትስብእቱ ወ፩ዱ እግዚእ አሐዱ ወልድ ወቃልሂ ኮነ ሰብአ ፍጹመ በ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ዘእንበለ ተፈልጦ ለግሙራ ንብሎ ሰብአ በእንተ ትስብእቱ ወአምላከ በእንተ መለኮቱ ውተወልዶቱ እምአብ ወበእንተ ገቢሮቱ ኃይላተ ወመንክራተ ዘኢይትረከብ ወእለሰ ይፈልጥዎ ወይሬስይዎ ብእሴ ዕሩቀ በባሕቲቱ በወቅሙ ወዓዲ ሀሎ ወልድ ካልእ ውጉዛነ ለይኩኑ ።	ናብ ክልተ ባህርይ ክኸፍሉና ዘይከኣል፣ ከምኡ ድማ ኣማኑኤል ኣምላኽና ካብ ሥጋኡ ዘይፍለ ሓደ እዩ፡ ሓደ ወልድ፡ ሓደ ጕይታ እዩ። ቃል ውን ንዘለዓለም ብዘይ ምፍላይ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ ብምኻን ፍጹም ሰብ ኮነ። ሰብ ስለዝኾነ ‘ሰብ’ ንብሎ። ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ካብ አብ ስለዝተወልደን ዘይምርመር ግሩም ድንቅ ተኣምራት ስለዝገበረን ድማ ‘ኣምላኽ’ ንብሎ። እቶም ብኣካሉ ንበይኑ ዝተፈልየ ዕሩቅ ብእሲ ጌሮም ዝፈልይዎን ካልኣይ ወልድ ኣሎ ዝብሉን ውጉዛት ይኹኑ ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፻፭ እመቦ ዘይትሀበል ወይብል እስመ ክርስቶስ ብእሲ ፀዋሬ አምላክ ወኢኮነ አምላከ ጽድቅ ዘበአማን ከመ ለሊሁ ወልድ ዋሕድ ዘበአማን ወቃልሂ ሥጋ ኢኮነ ወኢተሳተፈ ደመ ወሥጋ ውጉዘ ለይኩን ፍካሬ ይቤ ብፁዕ ዮሐንስ ወንጌላዊ ቃል ሥጋ ኮነ አኮ በተፋልሶ እምህላዌሁ ኀበ ሥጋ በከመ ንቤ ቅድመ ውእቱሰ ኢይትዌለጥ እስመ አምላክ ውእቱ አላ ዳእሙ ተሳተፈነ በሥጋ ወደምሙ ወኮነ ሰብአ ከማነ ። ዮሐ ፩፡፩-፲፬ ። ሚል ፫፡፮ ።	21. እቲ ‘ክርስቶስ ኣምላኽ ዝኾደሮ ዕሩቅ ብእሲ ከምዝኾነ፡ ንሱ ውን ወልድ ዋሕድ ብምኻኑ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዘይኮነ፣ ከምኡ ውን ቃል ሥጋ ከምዘይኮነ፡ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ከም ዘይተዋሓደ’ ዝዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ ብፁዕ ዮሓንስ ወንጌላዊ ‘ቃል ሥጋ ኮነ’ በለ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ በቲ ባህሪኡ ናብ ሥጋ ምኻን ተለዊጡ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንሱ ኣምላኽ ስለዝኾነ ኣይልወጥን እዩ። እኳ ደኣ ነፍስን ሥጋን ብምዋሓድ መሰለና፡ ከማና ዝበለ ሰብ ውን ኮነ። (ዮሓ. 1፡1-14። ሚል. 3፡6 ።
፻፮ ወልማዶሙ ለመጻሕፍት ማሕየውያን ይሰምይዎ ሰብእሲ ሥጋ እስመ ጽሑፍ ውእቱ ወኮሉ ዘሥጋ ርእየ አድኅኖቶ ለእግዚአብሔር ወባሕቱ በዓለ ሃይማኖት ርኵሰት ዘውእቱ ንሰጥሮሰ ወእሊአሁ ወእለ ይትአመኑ ከማሁ በአድልዎ ይብሉ ዕሩቅ ውእቱ ሥጋ እምቃል ወኢይትአመኑ ከመ ቃለ እግዚአብሔር ኮነ ሥጋ እሙነ ወኮነ ሰብአ ከማነ ወነበረ በዘሀለወ ቦቱ ።	22. ልማድ እቶም ድኅነት ዝርከበሎም ቅዱሳት መጻሕፍቲ እዩ እሞ፡ ኮቲ ሰብ ‘ሥጋ’ ኢሎም ይጽውዕዎ እዮም። ‘ሥጋዊ ደማዊ ሰብ ኮሉ ንዕበየት እግዚኣብሔር ርእየ’ ተባሂሉ ውን ተጻሒፉ እዩ። እንተኾነ ግና እቲ በዓል ክፋእ ሃይማኖት ንሰጥሮስን ወገናቱን እቶም ከምኡ ብሓሶት ዝእመኑን ‘ሥጋ ካብ ቃል ዝተፈልየ እዩ’ ይብሉ። እግዚኣብሔር ቃል ብሓቂ ሥጋ ተዋሒዱ ከማና ሰብ ከምዝኾነ፡ ብኣምላኽነቱ ውን ጸኒዑ ከምዝነበረ ኣይኣምኑን እዮም።
፻፯ እስመ እሉሰ ዐላውያን ይብልዎ ለዋሕድ ዘተወልደ እምቅድስት ድንግል ቃለ አብ ዘከመ ፩ዱ እምቅዱሳን ውእቱ ወኢይትአመኑ ቦቱ ከመ ለሊሁ ፩ዱ ወልድ ወ፩ዱ እግዚእ ውእቱ ወኢይሰግዱ ሎቱ አላ እሙንቱሰ ዳእሙ ይሌብውዎ ከመ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ ባሕቲቱ ወይከብር ክብረ ተላጽቆተ ቃል ወያስተሳትፍዎ ሰጊደ ሎቱ ወተሳትፎተ ስባሔሁሂ እንዘ ይብሉ እግዚአብሔር ቃል ኃደረ ውስቴቱ እምኀበ መንፈስ ቅዱስ ።	23. እዞም መናፍቓን፡ ኮቲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ ሓደ ቃለኣብ ‘ከም ሓደ ካብ ቅዱሳን እዩ’ ይብልዎ። ሓደ ወልድ ሓደ ጕይታ ከምዝኾነ ውን ኣሚኖም ኣይሰግዱሉን። ንሳቶም፡ ዕሩቕ ብእሲ ጥራይ ከምዝኾነ፡ ቃል ምስ ኃደሮ ውን ብጎድሪት ከምዝኸበረ ጌሮም ይሓስቡ፣ ናይ ጸጋ ሰግደት ውን የቕርቡሉ። ብኽብሪ ሓደ ምኻኑ ድማ እግዚኣብሔር ቃል ብውህበት መንፈስ ቅዱስ ኣብኡ ኃደረ’ ይብሉ ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩

፳፬ ይቤ ፩ዱ እምነቢያት ይቤ እግዚአብሔር አነ እሄሉ ውስቴቶሙ ወእከውኖሙ አምላከ ወእሙንቱኒ ይከውኑኒ ሊተ ሕዝብየ ወብፁዕሂ ጳውሎስ ሐዋርያ ይቤ ዓዲ ኢተአምሩኑ ከመ ቤቱ ለእግዚአብሔር አንትሙ ወመንፈስ ቅዱስ ኅዱር ውስቴትክሙ ወካዕበ ይቤ ክርስቶስ በእንተ ነቢያት ቅዱሳን ወጻድቃን እምከመሰ ይቤ ለእሉ አማልክት አንትሙ ዘበጽሐ ቃለ እግዚአብሔር ኅቤሆሙ ወእፎመ ፈድፋደሰ ዘቀደሶ እግዚአብሔር ወፈነዎ ውስተ ዓለም ከመ እሙንቱ ይብሉ አንሰ ፀረፍኩ ሶበ እቤ ከመ ወልደ እግዚአብሔር አነ ። ኤር ፴፩፡፩ ። ዮሐ ፲፡፴፭-፴፰ ። ፪ቆሮ ፮፡፲፯-፲፰ ።

፳፭ ወባሕቱ አኮ በከመ ኅዱር ውስቴትነ እግዚአብሔር ከማሁኬ ኅዱር ውእቱ በክርስቶስ አላ እንዘ ለሊሁ አምላክ አስተርአየ ዲበ ምድር ወኮነ ሰብአ ከማነ ፩ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ወአኮ አምላክ ለሊሁ በርእሱ ዘኮነ ሰብአ አላ አምላክ ነሥአ ሎቱ ሥጋ እማርያም እምቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወሶበሂ ተሠገወ ፩ዱ ውእቱ ወኢኮነ ፪ት አላ ፩ዱ ወልድ ውእቱ ወእለሰ ኢየአምኑ ከመዝ ወይብሉ ከመ ውእቱ ብእሲ ዕሩቅ ከማነ ወአኮ አምላክ ውእቱ ዘኮነ ሰብአ በእንቲአነ ይወድቁ ውስተ ዝንቱ ግዘት ።

ክፍል ፮

፳፮ እመቦ ዘይብሉ ከመ አምላኩ ወእግዚኡ ለክርስቶስ አምላክ ቃል ውእቱ ዘመጽአ እምአብ ወኢየአምኑ ቦቱ ከመ ለሊሁ አምላክ ውእቱ ወለሊሁ ሰብእ ኅቡረ ወቃልሂ ሥጋ ኮነ በከመ ጽሑፍ ውጉዛነ ለይኩኑ ፍካሬ እግዚእነሰ ኢየሱስ ክርስቶስ ፩ዱ ውእቱ ለሊሁ ወልደ እግዚአብሔር አብ ዘበአማን ቃል ሥጋ ኮነ ወእግዚእ ውእቱ ላዕለ ኵሉ ወምስለ ዘወለዶሂ ኵሉ ብርክ ይሰግዱ ሎቱ እለ ውስተ ሰማይ ወእለ ውስተ ምድር ወዘመትሕተ ምድር ወኵሉ ልሳን ይትአመን ከመ እግዚአብሔር ኢየሱስ ክርስቶስ በስብሐተ እግዚአብሔር አብ ወየማኑ ወውእቱ እግዚእ ላዕለ ኵሉ ፍጥረት በከመ ንሌብዎ ንሕነ ወውእቱ እግዚአብሔር ። ፊልጵ ፪፡፱-፲፩። ዮሐ ፩፡፲፬ ።

ቃለ ግዘት ም 121

24. ሐደ ካብ ነቢያት ውን 'ኣነ ኃዲረዮም ክነብር እየ፡ ኣምላኽ ውን ክኾነኖም እየ፣ ንሳቶም ድማ ሕዝበይ ክኾኑ እዮም በለ እግዚኣብሔር' ይብል። ብፁዕ ሓዋርያ ጳውሎስ ውን 'ንስኻትኩም መጎደሪ እግዚኣብሔር ምኳንኩምን መንፈስ ቅዱስ ኣባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧' በለ። ከምኡ ውን ክርስቶስ፡ ብዛዕባ ቅዱሳን ነቢያትን ካህናትን ጠቒሱ 'ዝኣቶም ነዞም ቃል እግዚኣብሔር ዝኃደሮም ኣማልክት ካብ ዝብሎም፡ ኑቲ እግዚኣብሔር ዝመረጸ ናብዚ ዓለም'ዚ ውን ዝለኣኾ ደኣ 'ወዲ እግዚኣብሔር እየ' ስለዝበልኩኹም ከመይ ኢልኩም ትጸረፍ ኣሎኻ ትብሉኒ ኣሎኹም፧ ካባታቶም ከመይ ኢሉ ንሱ ኣዝዩ ኣይበልጾንፂ በለ ። ኤር. 31፡1። ዮሓ. 10፡35-38። 2ይ ቆሮ. 6፡17-18።

25. ግና ከምቲ እግዚኣብሔር ኣባና ዝኃደረ ከምኡ ኣብ ክርስቶስ ዝኃደረ ኣይኮነን። ኣምላኽ እንከሎ ከማና ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ዓለም'ዚ ተገልጸ እምበር። ወልድ ዋሕድ ሓደ ባህርይ ሓደ ኣካል እዩ። ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ሥጋ ወሲዱ ሰብ ኮነ እምበር፡ ንሱ ኣምላኽ ተለዊጡ ሰብ ዝኾነ ኣይኮነን። ዋላ እኳ ሰብ እንተኾነ ሓደ እዩ። ሓደ ወልድ እዩ እምበር ክልተ ኣይኮነን። እዮም ከምዚ ኢሎም ዘይኣምኑ፡ 'ከማና ዕሩቕ ብእሲ እዩ፡ ምእንታና ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ኣይኮነን' ዝብሉ ግና በዚ ግዝት'ዚ ክተኃዙ እዮም ።

ክፍሊ 6

26. 'ካብ **ኣብ** ተወሊዱ ዝመጸ ኣምላኽ ቃል ናይ ንክርስቶስ ገዛኢኡ ፈጣሪኡ እዩ' ዝብሉ፣ከምኡ ውን ንሱ ብተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ እቲ ቃል ውን ሰብ ከምዝኾነ ከምቲ ዝተጻሕፈ ዘይኣምኑ እንተለዉ ውጉዛት ይኹኑ። ትርጓሜ፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ናይ እግዚኣብሔር **ኣብ** ናይ ባህርይ ወዱ እዩ። እቲ ቃል ሥጋ ኮነ። ንኾኑ ውን ፈጢሩ ዝገዝእ እዩ። ምስ ናይ ባህርይ ኣቦኡ ውን ኮሎም እዮም ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘለዉ ፍጡራን ይሰግዱሉ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ጐይትነትን ሓድነትን እግዚኣብሔር **ኣብ** ከምዘሎ ውን ኮሉ ልሳን ይኣምን። ንሕና ከም እንፈልጦ ንኾኑ ፍጥረት ዝገዝእ እዩ፡ ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ ። ፊልጵ. 2፡9-12። ዮሓ. 1፡14 ።

ቃለ ግዘት ም ያ፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
፳፯ ወሶበሂ ለብሰ ሥጋ ወኮነ ሰብአ አኮ አብ ዘኮነ አምላከ ሎቱ ወእግዚአ ወለሊሁ እግዚእ ወአምላክ ከመ አቡሁ ወዕሩይ ምስሌሁ ወዝንቱሰ ቃል ለዘኢሥፃን ውእቱ ሐሰ ሎቱ እምዝንቱ ወባሕቱ ውእቶሙሰ ፍጹማን በዕልዎቶሙ ወእመሰ ጸንዑ ወይቤሉ በተሀብሎ ዘንተ ቃለ ውጉዛን ወምቱራን እሙንቱ ።	27. ሥጋ ተዋሐዱ ሰብ ምስ ኮነ፣ ንሱ ከም ኣቦኡ ፈጢሩ ዝገዝእ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ምስኡ ውን ማዕረ ዝኾነ እየ እምበር፣ አብ ንእኡ ጐይታ ፈጣሪ ዝኾኖ ኣይኮነን። እዚስ ናይ ዘይተማህሩ ሰባት ኣዘራርባ እዩ። እቲ ነገር እቲ ግና ካብዚ ዝበልዎ ዝተፈልየ እዩ። እዚኣቶምሲ ፈጺሞም ዝኸሓዱ እዮም። ብድፍረት ነዚ ቃል'ዚ ብምዝራብ እንተነቐጹ ግና ተወጊዞም ዝተፈልዩ እዮም ።
ክፍል ፯	**ክፍሊ 7**
፳፰ እመቦ ዘይቤ ከመ ቃል አምላክ ይገብር በኢየሱስ ከመ ሰብእ ወለሰብሐትሂ እንተ ዘዋሕድ ያበጽሐዎ ኀቤሁ ከመ ካልእ ውጉዛ ለይኩኑ ትርጓሜ ወሶበ አብሠራ ሊቀ መላእክት ገብርኤል ለድንግል ንጽሕት ማርያም በእንተ ልደቱ በሥጋ ለዋሕድ ወልደ እግዚአብሔር ወይቤላ ትወልዲ ወልደ ወይሰመይ ስሙ ኢየሱስ ዝንቱ ውእቱ ዘያድኅኖሙ ለሕዝቡ እምኃጢአቶሙ።	28. 'አምላኽ ቃል ኣብ ሰብ ከምዝኾድር፣ ኣብ ኢየሱስ ኾደረ' ዝብል፣ እቲ ዝተዋሓዶ ክብሪ ውን ፍሉይ ከምዝኾነ ጌሮም ብጎድረት እዩ ዝብሉ እንተለዉ ውጉዛት ይኹኑ። ትርጓሜ፣ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ገብርኤል ብዛዕባ ሓደ ወልደ እግዚኣብሔር ብሥጋ ናይ ምውላዱ ነገር ንንጽሕት ድንግል ማርያም ኣብ ዘብሠረሉ ጊዜ፣ 'ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ስሙ ውን ኢየሱስ ክበሃል እዩ፣ ንሕዝቡ ኻኣ ካብ ኃጢኣቶም ዘድኀኖም ንሱ እዩ' በላ ።
፳፱ ወተሰምየ ክርስቶስሃ በእንተ ዘተቀብዐ ምስሌነ ከመ ሰብእ በከመ ቃለ ዳዊት በእንተ ክርስቶስ ዘይቤ አፍቀርከ ጽድቀ ወዐመፃ ጸላእከ በእንተዝ ቀብዐከ እግዚኣብሔር አምላክ በዘይተ ፍሥሓ እምኮሎሙ እሊአከ እለ እሙንቱ ሱቱፋኒከ ወለሊሁ ውእቱ ዘይፈኑ መንፈሰ ቅዱሰ ወይሁብ ለእለ ይደልዎሙ በዓቀም ለሊሁሰ ፍጹም ውእቱ ወንሕነሰ ኮልነ ነሣእነ እምፍጻሜሁ በከመ ጽሑፍ ንሕነሰ ንብል በለብዎ ውእቱሰ ተቀብዐ በከመ ሥርዓት ወረደ ላዕሌሁ መንፈሰ ቅዱሰ ከመ ይኩን ውሰቴትነ ለነሂ ዓዲ። መዝ ፵፭(፵፬)፡፰። ኢሳ ፷፩፡፩። ዮሐ ፩፡፲፬-፲፰።	29. ናትና ባህርይ ስለዝተዋሓደ 'ክርስቶስ' ተባህለ። ከምቲ ዳዊት ብዛዕባ ክርስቶስ 'ሰብ ምኻን ፈተኻ፡ ዘይምኻን ከኣ ጸላእካ፣ ስለዚ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምስቶም ብነፍሰን ብሥጋን ዝመሰሉኻ ምእመናን ብፍሉይ ቡቲ ፈጺሙ ዘሐጕስ ብመንፈስ ቅዱስ ኣዋሓደካ' ዝበሎ እዩ። ነቶም ዝዋሃቡም ሰባት ሃብቲ መንፈስ ቅዱስ መጠኑ ዝህብ ንሱ እዩ። ንሱ ክብሪ ዘይደሊ ፍጹም እዩ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ንሕና ኮኖትና ድማ ካብ ምልኣቱ ካብ ፍጹም ጕይትነት ክብሪ ተቐበልና። ንሕናስ ብምስትውዓል 'ንሱ ብተዋሕዶ ሰብ ኮነ' ንብል ኣሎና። ከምኡ ውን ንሕና ነቲ ናይ ባህርይ ሕይወቱ ብጸጋ ምእንቲ ክንቅበሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ' ንብል። መዝ. 45(44)፡7 ። ኢሳ. 42፡1 ። ዮሓ.1፡14-18 ።
፴ ውእቱሰ በእንተ ዕልዎት ዘኮነ ባቲ አዳም ኀደገ እምኔሁ ፯ወ፱ት ሊቃናተ ወወረደ ባሕቲቱ ወልድ ዋሕድ ቃለ እግዚአብሔር ወኀደረ ኀበ ማርያም ድንግል ወሶበ ተሠገወ ተሰምየ ክርስቶስሃ ዘውእቱ ቅቡዕ ብሂል ወቦቱ ኃይለ መለኮቱ ዘዚአሁ ወኮነ ይገብር ምግባራተ ንኩራተ ወእለሰ ይብሉ በእንተ ኃይለ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ተራከበ ምስለ ሰብሐተ ዋሕድ ወይብሉ ሀሎ ካልእ ዋሕድ እምክርስቶስ ወይትአመኑ በ፪ቱ ወልድ ፩ዱ ዘይገብር ወካልኡ ዘኢይገብር ውሰቴቱ ካልእ ዘከማነ ሰብእ ወበእንተ ዝንቱ ወረደ ላዕሌሆሙ ኃይለ ዝንቱ ግዘት። ሉቃ ፲፩፡፬-፳።	30. ንሱስ፣ ነቲ ኣዳም ተታኺሉላ ዝነበረ ኃጢኣት ንምሥትስራይ ንተስዓን ትሽዓተን ነገደ መላእክት ኃዲጉ ቡቲ ዝተፈልየ ኣካሉ ወልድ ዋሕድ ቃለ እግዚኣብሔር ናባና ወረደ፣ ኣብ ማኅፀን ድንግል ኃደረ፣ ቃል ሥጋ ወሲዱ ሰብ ምስ ኮነ 'ክርስቶስ' ተባህሉ፣ እዚ ድማ ሥጋ ዝተዋሓደ ቃል ማለት እዩ። ናቱ ዝኾነ ሥልጣን ኣምላኽነት ኣለዎ። ፍጹም ግሩም ሥራሕ ይሠርሕ ነበረ። ክርስቶስ ተኣምራት ምግባሩ ኣሚኖም ብጎድረት ክብሪ ከምዝኸበረ ዝሓሰቡ፡ ከምኡ ውን 'ብዘይ ክርስቶስ ካልእ ወልድ ኣሎ' ዝብሉ፡ 'እቲ ሓደ ባዕሉ ዝሠርሕ፣እቲ ሓደ ግና ኣብኡ ኃዲሩ ዝሠርሓሉ ከማና ዕሩቕ ብእሲ እዩ' ኢሎም ብኽልተ ወልድ ዝኣምኑ እንተለዉ፣ በዚ ምኽንያት ናይዚ ግዘትዚ ሥልጣን፡ ፍዳ ኾይኑ ኣብ ልዕሊኦም ወረደ። ሉቃ. 15፡4-8።

ቃለ ግዘት ም ያ፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ክፍል ፳	**ክፍሊ 8**
፴፩ እመቦ ዘይትሀበል ወይብል በእንተ ብእሲ ዘአዕረጎ ውስተ ሰማይ ዘሎቱ ይደልዎ ይሳተፍ በሰጊድ ምስለ አምላክ ቃል ወይሴብሕዎ ወይሰምይዎ አምላከ ዘውእቱ ፩ዱ በውስተ ፩ዱ ወዘኢይሰግዱ ሎቱ አሐተ ሰግደት ምስለ ሥጋሁ ወዘኢይሴብሕዎ ለአማኑኤል ወኢይብሉ ከመ ኮነ ቃል ሥጋ ውጉዛነ ለይኩኑ ፍካሬ ነአምን በ፩ዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አንዘ ኮሉ ወበወልዱ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ ወበመንፈሱ ቅዱስ ጸራቅሊጦስ ናዛዚነ ወበአስማቲሆሙ ተጠመቅነ ይቤ ብፁዕ ጳውሎስ ንሕነሰ ተጠመቅነ በክርስቶስ ወተሳተፍናሁ በተገንዞ ምስሌሁ ዘውእቱ በጥምቀተ ሞቱ ወበከመ ተንሥአ ክርስቶስ እሙታን በስብሐተ አብ ከማሁ ንሕነኒ ዓዲ ንትባደር ለሐዳስ ሕይወት። ሮሜ ፮፤፫-፲፩።	31. ነቲ ናብ ሰማይ ዘዕረገ ሥጋ ምስ ኣምላኽ ቃል ክሰግዱሉ፡ ኣምላኽ ክብልዎን ከመሰግንዎን ከምዝግባእ ክሒዱ ደፊሩ 'እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኃደረ' ዝብል፣ ካብ ሥጋኡ ከይፈለዩ ሓንቲ ሰግደት ዘይሰግዱሉ፣ ንኣማኑኤል ዘየመሰግኑ፣ከምኡ ውን 'ቃል ሥጋ ኮነ' ኢሎም ዘይኣምኑ ሰባት እንተለዉ ውጉዛት ይኹኑ። ትርጓሜ፣ ቡቲ ንኹሉ ዝፈጠረ ሓደ ኣምላኽ ብዝኾነ እግዚኣብሔር **ኣብ** ቡቲ ሓደ ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ቡቲ ዘንጽሓና ዘድኀነና መንፈስ ቅዱስን ንኣምን። ብስሞም ኣሚንና ውን ከበርና። ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ውን 'ንሕና ብክርስቶስ ከበርና፡ ምስኡ ውን ሓደ ኮንና። እዚ ድማ እቲ ብሞቱ ዝተረኽበ ጥምቀት እዩ። ከምቲ ክርስቶስ ካብ ምውታን ተፈልዩ ብኽብሪ ዝተንሥኡ ከምኡ ድማ ንሕና መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ ንቀዳደም' በለ። ሮሜ 6፡3-11 ።
፴፪ ወዓዲ አመነ ወተጠመቅነ በወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚእነ ዘኮነ ሥጋ ወኮነ ሰብአ ዘውእቱ ቃለ አብ ወ፩ዱ ውእቱ ዘይደሉ ከመ ንሰግድ ሎቱ ዘበአማን በከመ ተምህርነ ወይሄልዉ ምስሌነ ጎያላት ሊዓላውያን ጽሑፍ እንከ በእንቲአሁ ወሶበ ቦአ በዜና ውስተ ዓለም ይሰግዱ ሎቱ ኮሎሙ መላእክተ እግዚአብሔር ኮነ ዋሕድ በዜና ሶበ ኮነ ብእሴ ዘከማነ ወበውእቱ መዋዕል ተብህለ በእንቲአሁ እስመ ውእቱ ተአኀዎሙ ለእለ ያፈቅርዎ እመቦ ዘይብል ሀሎ ፪ቱ ወልድ ለ፩ዱ ዘንሰግድ ወለካልኡ ዘኢንሰግድ ሎቱ ወኢይብል ፩ዱ ውእቱ ወልድ ዋሕድ ቃል ዘመጽአ እምኀበ አብ ወኢየአምን ቦቱ ከመ ውእቱ ፩ዱ ውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚአብሔር ዘበአማን ዘንሴብሖ ወንሰግድ ሎቱ አሐተ ሰግደተ ምስለ ሥጋሁ ይወርድ ላዕሌሁ ኃይለ ዝንቱ ግዘት። ዕብ ፩፤፮-፲፩ ።	32. ቡቲ ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚንና ከበርና። ንሱ ድማ ናይ **ኣብ** ኣካላዊ ቃል እዩ። ከምቲ ዝተመሃርናዮ፡ እቲ ሓደ ብሓቂ ኽንሰግደሉ ዝግብኦ ንሱ እዩ። ሰማያውያን መላእኽቲ ውን ምሳና ብሰግደት ይሓብሩ እዮም። እቲ በኵሪ ኣብዚ ዓለምዚ ምስ መጸ፡ ኮሎም መላእኽተ እግዚኣብሔር ይሰግድሉ'ተባሂሉ ብዛዕባኡ ተጻሒፉ እዩ። ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ዋሕድ ንሱ ከማና ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ በዜና ኾነ። ቡቲ ጊዜ እቲ ኑቶም ዘፍቅርዎ ኣጓዋቲይ ከምዝበሎም ብዛዕባኡ ተነግረ። 'ነቲ ሓደ ንሰግደሉ ነቲ ካልእ ከኣ ዘይንሰግደሉ ክልተ ወልድ ኣሎ' ዝብል፣ ካብ **ኣብ** ተወሊዱ ናብዚ ዓለምዚ ዝመጸ ወልድ ዋሕድ ቃል ሓደ እዩ ዘይብል፣ ከምኡ ውን ነቲ እነመሰግኖን ካብ ሥጋኡ ከይፈለና ሓንቲ ሰግደት እንሰግደሉን ናይ እግዚኣብሔር **ኣብ** ናይ ባህርይ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን፡ናይዚ ግዘት ኃይሊ ሥልጣን ኣብ ልዕሊኡ ይወርድ ። ዕብ 1፡6-16።
ክፍል ፳፩	**ክፍሊ 9**
፴፫ እመቦ ዘይብል በእንተ ፩ዱ እግዚአብሔር እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ለሊሁ ኩብረ በመንፈስ ቅዱስ ወተሰብሐ ዘከመ ኃይል ነኪር ውእቱ ይገብር ውስቴቱ ወይነሥእ ኃይለ ገቢር ላዕለ መናፍስት ርኩሳን ወይፈጽም ላዕለ ሰብእ ተአምራተ አምላካዊተ ወኢኮነ ውእቱ እመንፈስ	33. ብዛዕባ ሓደ ኣምላኽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ፍሉይ ሥልጣን ኣብኡ ኃዲሩ ከምዝሠርሕ ጌሩ፣ 'ብመንፈስ ቅዱስ ከበረ፡ ኣጋንንቲ ዘውጽኣሉን ተኣምራት ዝገበረሉን ሥልጣን ተቐቢሉ ሥራሕ ኣምላኽነት ኣብ ልዕሊ ሰብ ይሠርሕ፡ ንሱ ቡቲ ገንዘቡ ዝኾነ ሥልጣን ሥራሕ ኣምላኽነት ኣይሠርሕን' ዝብል ሰብ እንተሎ ውጉዝ ይኹኑ።4

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ዘሎቱ ለሊሁ ይገብር ውሰቴቱ ተአምራተ አምላካዊተ ውጉዘ ለይኩን። ትርጓሜ ኮነ ዋሕድ ቃለ እግዚአብሔር ሰብአ ፍጹመ ከማነ ወኢተወለጠ እምአምላክናሁ ወኮሉ ዘሀሎ በአብ ወበመንፈስ ቅዱስ ሀሎ በወልድ ወዘይገብርዎሂ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ይገብሮ ወልድሂ ኢይትፈለጥ በምንትኒ ግብር እምግብራት ዘእንበለ ተሰምዮ ሰም ባሕቲቱ ዘውእቱ ብሂለ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ። ዮሐ ፭፡፲፯ ።	ትርጓሜ፣ ዋሕድ እግዚአብሔር ቃል ከማና ፍጹም ሰብ ኮነ። ካብ ኣምላኽነቱ ኣይተለወጠን። ኮሉ እቲ ናይ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ዝኾነ ንወልድ ገንዘቡ እዩ። ነቲ **ኣብን** መንፈስ ቅዱስን ዝገብርዎ ወልድ ይገብር። ብኣጸዋውዓ ሰም ጥራይ እንተዘይኮይኑ ብዘኾነ ሥራሕ ኣይፍለን እዩ። እዚ ድማ **ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ** ማለት እዩ። ዮሓ. 5፡17።
፴፬ ወእመሂ ኮነ ሰብአ ኢተወለጠ እመለኮቱ ለግሙራ አላ ይፈጽም መንክራተ ዘመለኮት እንዘ ይትወሐድ ምስለ ትስብእት እመቦ ዘይብል በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኩበረ ከመ ሰብእ ከማነ ወይሬስዮ ከመ ፩ዱ እምቅዱሳን እለ ይነሥኡ ክብረ ወኃይለ እመንፈስ ቅዱስ ወይሬስዮ ነኪረ እምኃይለ አቡሁ ወውእቱ ኢይገብር ግብረ መለኮት ዘእንበለ ዳእሙ ይነሥእ ክፍለ እመንፈስ ቅዱስ ይዕርግ ውስተ ሰማይ እስመ ኃይለ ግዘት ትበውእ ውስቴቱ ወትመትሮ ።	34. *ሥጋ* ተዋሒዱ ናይ *ሥራሕ* ኣምላኽነት ይሠርሕ እምበር፡ ዋላ ውን ሰብ እንተኾነ ካብ ባህርየ መለኮቱ ፈጺሙ ኣይተለወጠን። ብዛዕባ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ከም ሓደ ካብቶም ኃይልን ሥልጣንን ብመንፈስ ቅዱስ ዝቕበሉ ቅዱሳን ዝቁጽሮ፡ ካብ ሥልጣን ኣቦኡ ፈልዩ ውን ሰብ ብምኻኑ ከማና ከበረ፡ ናብ ሰማይ ንክዓርግ ውን ነቲ መንፈስ ቅዱስ ዝዓደሎ ይቕበል እምበር *ሥራሕ* ኣምላኽነት ኣይሠርሕን እዩ' ዝብል እንተሎ፡ እዛ *ሥልጣን* ግዘት እዚኣ ኣብኡ ኃዲራ ክትፈልዮ እያ ።
ክፍል ፲	**ክፍሊ 10**
፴፭ እስመ መጽሐፍ ቅዱስ ይብል ከመዝ ኮነ ክርስቶስ ሊቀ ካህናት ወሐዋርያ ለእምነትነ ወመጠወ ነፍሶ በእንቲኣነ ወአብአ ርእሶ *መሥዋዕተ* ውኩፈ ወዕጣነ ኅሩየ ለእግዚአብሔር አብ ወዘሰ ይቤ ዘኮነ ሊቀ ካህናት ወሐዋርያ ኢኮነ አምላክ ቃል ሶበ ለብሰ *ሥጋ* ወኮነ ሰብአ ከማነ አላ ካልእ ብእሲ ዕሩቅ ውእቱ ባሕቲቱ ዘተወልደ እምብእሲት ወዘሰ ይቤ አቅረበ ርእሶ ቍርባነ በእንቲአሁ ወኢይቤ ከመ ውእቱ አዕረገ ርእሶ በፈቃዱ ባሕቲቱ በእንቲኣነ ከመ ይቤዝወነ ውእቱሰ ኢይፈቅድ አዕርጎ ቍርባነ በእንተ ርእሱ ዝኩ ዘኢገብረ ኃጢአተ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፋሁ ውጉዘ ለይኩን። ዕብ ፫፡፩-፯ ። ኢሳ ፶፫፡፱ ። ፩ጴጥ ፪፡፳፪ ።	35 *መጽሓፍ* ቅዱስ ከምዚ ኢሉ፡ ክርስቶስ ሓዋርያ እምነትና ሊቀ ካህናት ኾነ፡ ምእንታና ውን ርእሱ ንሕማም ንሞት ኣጎሊፉ ሃበ፡ ንገዛእ ርእሱ ድማ ፍቱው መሥዋዕትን ምሩጽ ዕጣንን ጌሩ ናብ እግዚኣብሔር **ኣብ** ኣቕረበ' ይብል። 'ሓዋርያ ሊቀ ካህናት ዝኾነ እቲ ካብ ድንግል ዝተወልደ ንበይኑ ዘሎ ካልእ ዕሩቕ ብእሲ እዩ እምበር እቲ ነፍስን *ሥጋን* ወሲዱ ከማና ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ቃል ኣይኮነን' ዝብል እንተሎ፣ 'ምእንቲ ርእሱ ውን ንገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ጌሩ ኣቕረበ' ዝብል እንተሎ፣ 'ንከድኖነና ብፍሉይ ኣካሉ ምእንታና ብፍቓዱ ንገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ጌሩ ደኣ ኣቕረበ እምበር ንሱስ ስለ ርእሱ *መሥዋዕቲ* ምቕራብ ኣየድልዮን እዩ' ዘይብል እንተሎ፣ ንሱ ኃጢኣት ዘይገበረ፡ ኣብ ልሳኑ ውን ሓሶት ዘይተረኽቦ እዩ' ዘይብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ዕብ. 3፡1-7፡ ኢሳ. 53፡9። 1ይ ጴጥ. 2፡24።
፴፮ ትርጓሜ እስመ እግዚእነሰ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ ይገብር ምግባረ ዘይደሉ ለትስብእት ወኢኮነት ምንጥ በእንተ *ሥርዓት* እንዘ ውእቱ እግዚአ ኮሉ በህላዌ መለኮት ተትሕተ ወለብሰ አርአያ ገብር ወተሰምየ ሊቀ ካህናት ወሐዋርያ እንተ ይእቲ ዓቅመ እጓለ እመሕያው ወከመዝ	36. ትርጓሜ፣ ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብባህርየ መለኮቱ ንኮሉ ፈጠሩ ዝገዝእ እንከሎ፡ *ሥጋ* ሰለ ተዋሓደ ንዕቕቲ ዘይኮነት ንሰውነቱ ትግባእ *ሥራሕ* ይሠርሕ ነበረ። ተዋሪዱ፡ ናይ ግዙእ ኣዳም ባህርይ ተዋሒዱ፡ ንዓቕሚ ሰብ እትግባእ ሰም 'ሓዋርያ ሊቀ ካህናት' ተባህለ። ከምኡ ውን 'ኢየሱስ ክርስቶስ'

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
ተሰምየ ዓዲ ኢየሱስ ክርስቶስ ወመጠወ ነፍሶ በእንቲአነ ወአዕረገ ርእሶ መዓዛ ዕጣን ውኩፈ ለእግዚአብሔር አብ ወመሥዋዕተ አሐደ ወፈጸመ እስከ ለዓለም በውስተ ቅድስተ ቅዱሳን በከመ ጽሑፍ።	ተባህለ። ስሌና ገዛእ ርእሱ ንሕማም ንሞት ኣኀሊፉ ሃበ ። ንርእሱ ፍቱው ዕጣንን ዘየዳግም መሥዋዕትን ጌሩ ናብ እግዚኣብሔር **አብ** ኣቕረበ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ንዘለዓለም ዘይሰዓር ጌሩ ኣብ ቀድስተ ቅዱሳን (ቀራንዮ) ኣቕረቦ ።
፴፮ ወባሕቱ አንሰ ኢየአምር ምንተኒኑ ያወሥእዎ እለ ኢይሔልዩ ከመዝ ወኢይቤሉ ከመ ለሊሁ አምላክ ቃል ውእቱ ዘወጽአ እምአብ ወኮነ ሰብአ ወተሰምየ ሊቀ ካህናት ወሐዋርያ እምነትነ ወባሕቱ አብዳንሰ ይሬስይዎ ካልአ ብእሴ ነኪረ በባሕቲቱ ዘተወልደ እምድንግል ንጽሕት ወይብሉ ውእቱሰ ተሰምየ ሐዋርያ ወሊቀ ካህናት ዘከመ ልህቀት ኀበ ዘመጠነዝ መዓርግ ወኢይብሉ አብአ ርእሶ መሥዋዕተ በእንቲአነ በፈቃዱ አላ ይቤሉ አብአ ቍርባነ ለእግዚአብሔር አብ በእንተ ርእሱ ወእለሰ ይብሉ ዘንተ ነኪራን እሙንቱ እምሃይማኖት ሠናይት እንተ አልባቲ ነውር እስመ ክርስቶስ መድኀን ኢአበሰ ለግሙራ ወኢተረክበ ሐሰት ውስተ አፋሁ ወነኪር ውእቱ እምኃጢአት ፍጹመ ወለሊሁ ሠዓሬ ኃጢአት ወሞት ውእቱ ወእፎኑ ይፈቅድ ያዕርግ ቍርባነ በእንቲአሁ ወዘከመ ፈቃዶሙሰ ለእሉ ዐላውያን ይትፈለጥ ለኀበ ፪ቱ እለ የኀሥሡ ያታ ካልአ ወበእንተ ዝንቱ ንሕነ ናወግዞሙ ገሃደ ወንከሥት ዕልወቶሙ ወዕቅፍቶሙ።።	ተባህለ። ስሌና ገዛእ ርእሱ ንሕማም ንሞት ኣኀሊፉ ሃበ ። ንርእሱ ፍቱው ዕጣንን ዘየዳግም መሥዋዕትን ጌሩ ናብ እግዚኣብሔር **አብ** ኣቕረበ። ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ንዘለዓለም ዘይሰዓር ጌሩ ኣብ ቀድስተ ቅዱሳን (ቀራንዮ) ኣቕረቦ ።
ክፍል ፲፩	**ክፍሊ 11**
፴፯ እመቦ ዘኢየአምን በሥጋ እግዚአብሔር ከመ ለሊሁ ወሀቤ ሕይወት ውእቱ ወለሊሁ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ዘእምአብ ወባሕቱ ይብሉ ካልእ ውእቱ ዘከብረ በቃለ እግዚአብሔር ወአኮ ውእቱ ዘይሁብ ሕይወተ ወኢይቤሉ በከመ ንቤ ንሕነ ማሕየዊ ወሃቤ ሕይወት ወኃይል ውእቱ ወእለሰ ይብሉ ተጸገወ ሕይወተ ወኃይለ ወኢይቤሉ ውእቱ ኃያል ወወሃቤ ሕይወት በርእሱ ውጉዛን ወወፀአን እምትምህርተ አበው ርቱዓነ ሃይማኖት ።	37. እቶም ‘ካብ **አብ** ተወሊዱ ሰብ ዝኾነ እንኣምኖ ሓዋርያ ሊቀ ካህናት ዝተባህለ ንሱ ኣምላኽ ቓል እዩ’ ዘይብሉን ነዚ ዘይሓስቡን እንታይ ኢሎም ኮን ኪምልሰሉ ይኾኑ ኣነ ኣይፈልጥን። እቶም ዓያሹ ሰባትሲ ነቲ ካብ ንጽሕት ድንግል ዝተወልደ ንበይኑ ዘሎ ካልእ ሰብ ይገብርዎ፣ ንሱስ ናብዚ መዓርግዚ ዝበጽሕ ብምኻኑ ሓዋርያ ሊቀ ካህናት ተባህለ ይብሉ፣ ምእንቲ ርእሱ ንገዛእ ርእሱ ክጥቀም ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር **አብ** መሥዋዕቲ ኣቕረበ ደኣ ይብሉ እምበር ስሌና ብፍቓዱ ርእሱ መሥዋዕቲ ጌሩ ኣቕረበ ኣይብሉን። እዞም ነዚ ዝብሉ ግና ካብታ ነውሪ ኮነ ነቐፋ ዘይብላ ካብዛ ዓባይ ሃይማኖት ዝተፈልዩ እዮም። ምኽንያቱ መድኀን ክርስቶስ ፈጺሙ ኣይበደለን፣ ኣብ ኣፉ ውን ሓሶት ኣይተረኽበን፣ ካብ ኃጢኣት ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ፣ ንሱ ኃጢኣትን ሞትን ዘጥፍእ እዩ፣ ንምንታይ ሰለ ርእሱ መሥዋዕቲ ምቕራብ የድልዮ፧ከምቲ እዞም መናፍቃን ዝብልዎ እንተኾይኑ ግና ከምቲ ድልየቶም ናብ ክልተ ዝተፈላለዩ ወገናት ይኽፈል፣ ሰለዚ ድማ ንሕና ነቲ ንሰብ ዘሰናኽል ክሕደቶም ገሊጽና ኣብ ጉባኤ ነውግዞም።
፴፰ ትርጓሜ እስመ ዝንቱሰ መሥዋዕት ቅዱስ ውእቱ እንተ አልቦቱ ደነሰ ወወሃቤ ሕይወት ውእቱ ዘንሕነ ንፈጽሞ ውስተ አብያተ ክርስቲያን ወነአምን እስመ ዘንሠውዮሰ ውስተ ቤተ ክርስቲያን ዘተሠርዐ አኮ ሥጋ ሰብእ ዘከመነ	38. ‘ንሱ ሕይወት ዝዕድል እዩ ። ካብ **አብ** ዝተወልደ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሥጋ ንሱ እዩ’ ኢሉ ዘይኣምን፣ ብሥጋ እግዚኣብሔር ዘይኣምን፣ እግዚኣብሔር ቃል ምስ ኃደሮ ዝኸበረ ካልእ እዩ፡ ብገንዘቡ ሕይወት ዝዕድል ኣይኮነን’ ዝብሉ፣ ከምቲ ንሕና እንብሎ ‘ዘድኀነ እዩ፡ ሕይወትን ኃይልን ዝዕድል እዩ’ ዘይብሉ፣ ‘ንሱ ኃይልን ሕይወትን ተቐበለ’ ዝብሉ፣ ከምኡ ውን ‘ብገዛእ ሥልጣኑ ሕይወት ዝዕድል ኃያል እዩ’ ዘይብሉ ውጉዛት እዮም። ካብቲ ርቱዓነ ሃይማኖት ኣቦታት ዝመሃርዎ ትምህርቲ ውጹኣት እዮም።
	39. ትርጓሜ፣ እቲ ንሕና ኣብ ቤተ ክርስቲያን ነቕርቦ መሥዋዕቲ ነውሪ ኮነ ነቐፋ ዘይብሉ ሕይወት ዝዕድል ቅዱስ እዩ። እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝዳሎ ንሕና እንሥውያ መሥዋዕቲ፧ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ሥጋ ደኣ እምበር ከማና ዝበለ ናይ ዕሩቕ ብእሲ ሥጋ ከምዘይኮነ ንኣምን። እቲ ንሕና

ቃለ ግዘት ም ያ፳፩	ቃለ ግዘት ም 121
አላ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ውእቱ ወከመዝ ዓዲ ደምኒ ክቡር ዘንሥርቦ ንሕነ ደሙ ውእቱ ለሥጋ ቃል ውእቱ ወሃቤ ሕይወት ለኵሉ ወለሊሁ መድኃኒነ ስምዐ ኮነ ወይቤ መንፈስ ውእቱ ዘያሐዩ ወሥጋሰ አልቦ ዘይበቍዕ። ዮሐ ፮፡፷፫-፷፬ ።	እንቅበሎ ክቡር ደም ድማ ደም ናይቲ ቃል ዝወሰዶ ሥጋ እዩ። ንኵሉ ውን ሕይወት ዝዕድል እዩ። ንሱ ባዕሉ መድኃኒና ውን 'እቲ ዘድኅን መንፈስ እዩ፡ ሥጋ ግና ዝጠቕሞ የብሉን' ክብል መሰኪሩ እዩ ። ዮሓ. 6፡27-34 ።
፵ ወባሕቱ ቃል ሥጋ ኮነ በከመ ለበውናሁ ንሕነ መሢሐውያን ወለሊሁ ወሃቤ ሕይወት ውእቱ በከመ ይቤ መድኃኒነ ወበከመ ዘፈነወኒ አብ ሕያው ከማሁ አነሂ ሕያው በእንተ አብ ወዘይበልዓኒ ዓዲ የሐዩ ሕይወተ ዘለዓለም ወንሰጥሮሰሰ ወተላውያኒሁ ዐላውያን ኢተአመኑ ዓዲ ከማሁ ወይከፍልዎ ለኃይል ምሥጢር ዘእንበለ አእምሮ ወጎፍረት ወተግሣጽ ወእንበይነ ዝንቱ ንሕነ ንረግሞሙ ወናወግዞሙ።	40. ከምቲ ንሕና ክርስቲያን ዝተረዳእናዮ 'ቃል ሥጋ ኮነ፡ ሕይወት ዝዕድል ውን ንሱ እዩ። ከምቲ መድኃኒና ፥ 'እቲ ዝለኣኸኒ **አብ** ሕያው ከምዝኾነ ኣነ ውን ካብ ሕያው **አብ** ዝተረኽበኩ ሕያው ከምዝኾንኩ፡ እቲ ሥጋይ ዝበልዕ ድማ ንዘለዓለም ሕያው ኮይኑ ይነብር' ዝበሎ እዩ። ንስጥሮስን ሰዓብቱ መናፍቓንን ግና ከምዘድጎን ገና ኣይኣመኑን። ከይፈርሁን ከይኃፈሩን ከይተማህሩን ነቲ ምሥጢረ ተዋሕዶ ይኸፍልዎ ኣለዉ። ስለዚ ድማ ንሕና ረጊምና ኣውጊዝና ንፈልዮም ኣሎና ።
ክፍል ፲፪	**ክፍሊ 12**
፵፩ እመቦ ዘኢይትአመን ከመ ቃል አምላክ ሐመ በሥጋ ወተሰቅለ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ ወኮነ በኵረ ልደት ለዘተንሥአ እሙታን ዘለሊሁ ሕይወት ወወሃቤ ሕይወት ውእቱ ውጉዘ ለይኩን፣ ትርጓሜ ቃልሰ ዘመጽአ እምአብ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ በመለኮቱ እስመ ውእቱ ይትሌዐል እምኵሉ ሕማም ወሞት ወለሊሁ ዕበይ ዘኢይትረከብ ህላዌ ዘእግዚአብሔር ወውእቱ ወሃቤ ሕይወት ለኵሉ ወርሑቅ ውእቱ እምኵሉ መሰና ወእምኵሉ ሕማም ወአኮ ዝንቱ ባሕርይ ፍሉጥ እምባሕርየ አብ አላ ፩ዱ ውእቱ ምስለ አብ ዘውእቱ ቃል ዘመጽአ እምእግዚአብሔር አብ።	41. 'ኣምላኽ ቃል ብሥጋ ከምዝሓመመን ብሥጋ ተሰቂሉ ከምዝሞተን፡ ናይቲ ካብ ምዉታን ተፈልዩ ዝትንሥእ ውን ቦኾሪ ከምዝኾነ፣ እቲ ሕይወት ንሱ ሕይወት ዝዕድል ከምዝኾነ' ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ትርጓሜ፣ እቲ ካብ **አብ** ተወሊዱ ዝመጸ ቃል ግና ብመለኮቱ ሕማም ኮነ ሞት ዘይብሉ እዩ። ንሱ ካብ ኵሉ ሕማም ኮነ ሞት ርሑቕ እዩ። ንሱ ክቡሪ እዩ፣ ባህርየ እግዚኣብሔር ዘይምርመር እዩ። ንሱ ንኵሉ ሕይወት ዝዕድል እዩ። ካብ ኵሉ ምልዋጥን መከራን ርሑቕ እዩ። እቲ ካብ እግዚኣብሔር **አብ** ተወሊዱ ዝመጸ ቃል ምስ **አብ** ሓደ እዩ እምበር፡ እዚ ባህርይ እዚ ካብ ባህርየ **አብ** ዝተፈልየ ኣይኮነን።
፵፪ ወሶበ መጽአ ከመ ይሕምም በእንቲኣነ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ ዘየሐምም ወይመውት ወረሰዮ ለሥጋ ፩ደ ምስሌሁ ዘውእቱ ተወካፌ ሞት ከመ ይሕምም ቤዛነ ወያብጽሐነ ኀቤሁ ሐመ ከመ ያድኅነነ ለኵልነ እሞት ወጎጕል ወየሀብ ለሥጋ ሕይወተ በዘሎቱ ሥልጣን እስመ አምላክ ውእቱ ወኮነ በኵረ ለዘሰከበ ወለሊሁ ዓዲ በኵረ ትንሣኤ እሙታን ውእቱ ወኢኮነ ውእቱ ብእሴ ዕሩቀ አፍአ እምቃል ዘመጽአ እምአብ ክቡር ወጥዕመ ሞተ በሥጋ ወባሕቱ ውእቱሰ በእንቲኣነ ብእሲ ዕሩቅ ውእቱ ወኢኮነ አምላከ ወዝንቱሰ ቃል ይከሥት ዕልወቶሙ እግዚአ ስብሐት ውእቱ እንዘ ሥግው በከመ ጽሑፍ ውሰተ ቅዱሳት መጻሕፍት።	42. ምእንታና መከራ ንኽቅበል ናብዚ ዓለም ምስ መጸ፡ ንክወሓዶ ዝሓምምን ዝመውትን ሥጋ ፈጠረ። ነቲ ሥጋ ውን ምስኡ ሓደ ገበሮ። ንሱ ድማ መከራ ንኽቅበልን ናብኡ ንክቕርበናን በጃና ኮይኑ ሞት ዝተቐበለ እዩ። ንኵላትና ውን ካብ ሞትን ፍዳን ንክድኅነና ከምኡ ውን ኣምላኽ እዩ እሞ ብባህርየ ሥልጣኑ ንሥጋ ሕይወት ምእንቲ ኽህብ መከራ ተቐበለ። በኵረ ምዉታን ውን ኮነ፣ በኵረ ትንሣኤ ምውታን ኸኣ እዩ። ካብ ጐይታ ክብሪ **አብ** ተወሊዱ ዝመጸ ቃል ዝተፈልየ ዕሩቕ ብእሲ ኣይኮነን። ብሥጋ ሞተ። ከምቲ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተጻሕፈ ንሱ ሰብ ክኸውን ከሎ ጐይታ ክብሪ እዩ ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፩ ፡ ም ፻፳፪	ቃለ ግዘት ም 121 ፡ ም 122

፵፫ ወዕልዋነ ሃይማኖትሰ እለ እምነቶሙ ከንቱ ይመይጥዋ ለሃይማኖት ቅድስት እንተ ዘአልባቲ ደነሰ በፈቃዶሙ ወይብሉ እሰመ ዘተሰቅለ በእንቲአነ ብእሲ ዕሩቅ ውእቱ ወኢኮነ አምላከ ወዘንቱሰ ቃል ይከሥት ዕልወቶሙ ወክሕደቶሙ ዐቢየ ወእሉ ዕዙዛን ወህልዋን ቦቱ ወንሕነኒ ናወግዞሙ ወንሰድዶሙ እምኔነ ወእምትምህርተ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ተፈጸመ ፲ቱ ወ፪ቱ ክፍል እንተ ዘአውገዘ ባቲ ዐላውያነ ቅዱስ ቄርሎስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ ወሰብሐት ለእግዚአብሔር ለዘአፈጸመነ አሜን።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፳፪

፩ ድርሳን ዘነበበ ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ በመልእክቱ እንተ ጸሐፋ ጎበ ሀገረ እስክንድርያ እንዘ ሀሎ በሰደት ወለሊሁ ያውግዝ ባቲ ዐላውያነ።

ክፍል ፩

፪ እመቦ ዘይቤ በእንተ ቃለ እግዚአብሔር ዘኮነ ሥጋ ከመ ቦቱ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዘይትነገር ባቲ ወኢይትአመን በ፩ዱ ህላዌ በእንተ እግዚአብሔር ቃል አምላክ ዘኮነ ሥጋ ዘእንበለ ውላጤ ወኢፍልጠት በከመ ንሕነ እጓለ እመሕያው ልጹቃን እምነፍሰ ወሥጋ ከማሁ ክርስቶስኒ ኮነ አሐደ ምስለ ሥጋሁ ዘእንበለ ፍልጠት ወኢኮነ ፪ቱ ወዘሰ ኢይትአመን ከመዝ ውጉዘ ለይኩን ወኢትፈልሰ ነፍሰ ለከዊነ ሥጋ ወሥጋሂ ለከዊነ ነፍሰ ወኢትትፈለዋ እምነፍሰ ከመ አካል ካልእ ወሊሉይ ወኢንበል ፪ቱ በእንተ ብእሲ ዘውእቱ እምእሉ ፪ቱ ህላዌያት አላ ፩ዱ ብእሲ ወ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ገጽ ወ፩ዱ ህላዌ።

ክፍል ፪

፫ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ ቃል ከመ ውእቱ ረሰዮ ዘእንበለ ሕማም ዘአልቦቱ ኃጢአት ኢእምቅድመ ትንሣኤ ወኢእምድኅረ ትንሣኤ ወያመጽኡ በዘንቱ ወይብሉ በእንቲአሁ ምትሐት ውእቱ ሥጋሁ ለክርስቶስ እለሰ ይብሉ ከመዝ ውጉዛነ ወምቱራነ ይኩኑ።

43. እቶም ሃይማኖቶም ሓሶት ዝኾነት መናፍቓን ግና ነታ ካብ ክሕደት ዝተፈልየት ነውሪ ኮነ ነቐፋ ዘይብላ ሃይማኖት ብፍቓዶም ይልውጥዋ። ነቲ ምእንታና ዝተሰቐለ ውን 'ዕሩቕ ብእሲ እዩ እምበር ኣምላኽ ኣይኮነን' ይብሉ። እዚ ኣዘራርባኡም ውን ነቲ ኽፋእ ክሕደቶምን ውድቀቶም የረድኣ። ንሳቶም በዚ ጸኒዖም ይነብሩ። ንሕና ግና ካባናን ካብ ትምህርቲ እታ ሓዋርያት ዝኣኩበዋ ሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንን ኣውጊዝና ንፈልዮም።

ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ንመናፍቓን ዘውገዘላ ናይ መልእኽቱ 12 ክፍሊ ተፈጸመት። ንዘፈጸመና እግዚኣብሔር ምስጋና ይኹን፡ ኣሜን!

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 122

1. ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎዶስዮስ ኣብ ስደት ከሎ ናብ እስክንድርያ ዝጸሓፋ፡ ከምኡ ውን ኣብታ ንመናፍቓን ዘውገዘላ መልእኽቱ ዝተናገራ ድርሳን እዚኣ እያ።

ክፍሊ 1

2. ብዛዕባ እግዚኣብሔር ቃል፡ ሥጋ ስለዝተዋሓደ ድኃሪ እታ ክልተነት ዘይንገረላ ተዋሕዶ ክልተ ባህርያት ከምዘለዎ ዝዛረብ፣ ኣምላኽ እግዚኣብሔር ቃል ብዘይ ምልዋጥን ብዘይ ምፍልላይን ሥጋ ስለዝተዋሓደ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ፣ ከምቲ ንሕና ሰባት ካብ ክልተ ማለት ነፍስን ሥጋን ሓደ ዝኾንና፡ ከምኡ ድማ ክርስቶስ ምስ ሥጋ ብዘይ ምፍላይ ሓደ ብምኻኑ ክልተ ኣይብሃልን እዩ እሞ ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ውጉዝ ይኹን። ነፍሲ ናብ ሥጋ ምኻን ኣይትልወጥን እያ፣ ሥጋ ውን ናብ ነፍስ ምኻን ኣይልወጥን እዩ። ከም ካልእ ፍሉይ ኣካል ውን ካብ ነፍሲ ኣይትፍለን እያ። ብዛዕባ ሰብ ክንዛረብ ከሎና፡ ካብዚም ክልተ ባህርያት ስለዝተረኽበ ሓደ ሰብ ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እዩ ንብል እምበር ክልተ እዩ ኣይንብልን ።

ክፍል 2

3. ብዛዕባ እቲ ንሥጋ ዝተዋሓደ ቃል፡ ንሱ ቅድሚ ትንሣኤኡ ድኃሪ ትንሣኤኡ ኃጢኣት ዘይብሉ ሕማም ዘይሰማምየ ገበሮ ዝብል እንተሎ፣ ከምኡ ውን በዚ ምኽንያት እዚ ፈጠሮ፡ ሥጋ ክርስቶስ ምትሓት እዩ' ዝብሉ፣ እዞም ከምዚ ዝብሉ ውጉዛትን ፍሉያትን ይኹኑ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፫	ቃለ ግዘት ም 123
ክፍል ፫	**ክፍል 3**
፬ እመቦ ዘይቤ ከመ ሥጋ እግዚአብሔር ቃል ሥጋ ማሳኒ አው ቦቱ ኃጢአት ወኢይትአመን ከመ ውእቱ ኢማሳኒ ወርሑቅ ውእቱ እምኮሉ ፍና ኃጢአት ውጉዘ ለይኩን።	4. እቲ ናይ እግዚአብሔር ቃል ሥጋ ዝልወጥ እዩ ወይ ከኣ ኃጢኣት ሠሪሑ እዩ ዝብል፣ ዘይልወጥን ካብ ኵሉ ገቢረ ኃጢኣት ርሑቕ ከምዝኾነን ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፬	**ክፍል 4**
፭ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ማሕየዊ ዘእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ውእቱ ማሰነ በውስተ መቃብር ውጉዘ ለይኩን ንሕነሰ ንብል ውእቱሰ ኢኀደገ ነፍሶ ውስተ ሲኦል ወኢርእየ ሥጋሁ ሙስና በከመ ጽሑፍ እንዘ ፭ዱ መለኮት ወ፭ዱ መንግሥት ወ፭ዱ ህላዌ በቅድምናሂ ወነቢር እስከ ለዓለም ዘየአምን ከመዝ ፍቱሕ ወቡሩክ ውእቱ ወዘሰ ኢየአምን ውጉዝ ወርጉም ውእቱ። መዝ ፻፭(፻፬)፡፴-፻፩ ። ግብ ሐዋ ፪፡ ፳፯-፳፱ ።	5 ብዛዕባ እቲ መድኃኒ ኣካል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መቓብር ፈሪሱ በስቢሱ ከምዝተረፈ ጌሩ ዝዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ንሕና ግና ከምቲ ዝተጻሕፈ፡ 'ንሱ ንነፍሱ ኣብ ሲኣል ኣይኀደገን ሥጋኡ ውን ኣብ መቓብር ፈሪሱ በስቢሱ ኣይተረፈን'፣ ብመለኮት ብመንግሥት ሓደ ክኸውን ከሎ ብቐድምና ዓለም ኣኀሊፉ ይነብር' ንብል። እቲ ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ፍቱሕን ብሩኽን እዩ፣ ብኣንጻሩ እቲ ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ግና ርጉምን ውጉዝን እዩ ። መዝ. 15(14)፡9-11። ግብ.ሓዋ. 2፡ 27-24 ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፮ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ቅዱስ ወደም ክቡር ዘክርስቶስ እግዚእነ ዘያዐርግዎሙ ካህናት በውስተ ምሥዋዕ ቅዱስ ወይፈጽሙ ቅዳሴ ቦሙ ወመልእክተ በእንተ ሞቱ ወትንሣኤሁ ከመ ቦሙ ሕማም ወሙስና አው መዊት ውጉዘ ለይኩን ። ፩ቆሮ ፲፩፡፳፬-፳፮ ።	6. ብዛዕባ እቶም ኣብ ዝኾበረ ታቦት ካህናት ዘዳልውዎም፡ ከምኡ ውን ሞቱን ትንሣኤኡን እናዘከሩ ቅዳሴን ተልእኮን ዝፍጽሙሎም ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን፡ ሕማምን ምልዋጥን ወይ ሞት ከምዘለዎም ጌሩ ዝዛረብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።1ይ ቆሮ. 11፡ 24-27 ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ፻፳፫	**ምዕራፍ 123**
፩ ግዘት ዘነበበ ባቲ ዮሐንስ ዘሀገረ ቡርልስ በውስተ ድርሳን ንኡስ ዘተናገረ በእንተ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ወሕገ ሃይማኖት ርትዕት።	1. ናይ ቡርልስ ኤጲስቆጶስ ዮሓንስ፡ ብዛዕባ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያንን ሕጊ ቅንዕቲ ሃይማኖትን ኣብ ዝደረሶ ሓፂር ድርሳን ዝተናገራ ግዘት እዚኣ እያ ።
ክፍል ፩	**ክፍሊ 1**
፪ እመቦ ዘይቤ አው ዘአምነ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ወረደ እንበለ ፈቃዱ አው ዘይብል ካልእ ውእቱ ፈቃደ አብ ወካልእ ውእቱ ፈቃደ ወልድ ወካልእ ውእቱ ፈቃደ መንፈስ ቅዱስ ወኢይትአመን ከመ ፭ዱ ውእቱ ፈቃዶሙ ወ፭ዱ ውእቱ ምግባሮሙ ወአሐቲ ሥምረቶሙ ወአሐቲ መንግሥቶሙ ውጉዘ ለይኩን ።	2. ወልደ እግዚኣብሔር ብዘይ ፍቓዱ ሰብ ከምዝኾነ ዝኣምን ኮነ ዝምህር፣ ወይ ድማ 'ፍቓድ **ኣብ** ካልእ እዩ፡ ፍቓድ ወልድ ካልእ እዩ፡ ፍቓድ መንፈስ ቅዱስ ውን ካልእ እዩ' ዝብል፣ ፍቓዶም ሓደ ሥራሖም ሓደ ድልየቶም ሓደ መንግሥቶም ሓደ ከምዝኾነ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፫	ቃለ ግዘት ም 123
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፫ እመቦ ዘይትሀበል ወይቤ ከመ ለአብ ቦቱ አእምሮ ፈድፋደ እምወልድ ወእመንፈስ ቅዱስ አው ዘይቤ እስመ ዘኮነ ቅድመ አው ዘይከውን ድኅረ ኢየአምር ወልድ ከመ አብ አው ዘይበል ከመ ወልደ እግዚአብሔር የሐጽጽ እምአቡሁ ወብእሲ ዕሩቅ ባሕቲቱ አው ይሔሊ ከመዝ ውጉዝ ለይኩን።	3. ብድፍረት 'አብ ካብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝበልጾ ፍልጠት ኣለዎ' ዝብል፣ ወይ ኸኣ ነቲ ቅድም ዝተገብረን ብደኃር ዝግበርን ወልድ ከም አብ ኣይፈልጥን እዩ' ዝብል፣ ወይ ድማ 'ወልደ እግዚኣብሔር ካብ ኣቦኡ ይንእስ እዩ፡ ንበይኑ ዘሎ ዕሩቕ ብእሲ እዩ' ዝብል ወይ ከምዚ ኢሉ ዝሓስብ እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፫	**ክፍሊ 3**
፬ እመቦ ዘይቤ ከመ አብ ህልው እምቅድመ ወልድ ወወልድኒ ህልው እምቅድመ መንፈስ ቅዱስ አው ዘይበል ቦ ዘመን እንዘ ኢሀሎ ወልድ ምስለ አብ ወመንፈስ ቅዱስ ውጉዝ ለይኩን።	4 'አብ ቀድሚ ወልድ ነበረ፡ ወልድ ውን ቀድሚ መንፈስ ቅዱስ ነበረ' ዝብል፣ ወይ ድማ ወልድ ምስ አብን መንፈስ ቅዱስን ዘይነበረሉ ጊዜ ኣሎ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፬	**ክፍሊ 4**
፭ እመቦ ዘይቤ አው ይሔሊ ከመ ወልደ እግዚአብሔር ፍጡር ውእቱ ወኢየአምን ከመ ውእቱ ተወልደ እምህላዌ መለኮተ አብ ባሕቲቱ አላ ይሔልይዎ እሙንቱ ከመ አብ ፈጠሮ ምስለ መንፈስ ቅዱስ ውጉዛን ይኩኑ እለሰ ይብሉ ከመዝ ኢየአምሩ እስመ መለኮት ቅዱስ ፭ዱ ውእቱ እንተ ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወ፭ዱ ህላዌ ወአሐቲ ኃይል ወአሐቲ መንግሥት ወ፭ዱ ምግባር ወአሐቲ ምክር ወአብ ህልው እምቅድመ ኮሉ አዝማን ወወልድኒ ዋሕድ ዘተወልደ እምአብ እምቅድመ ኮሉ ፍጥረት ወአዝማን ወመንፈስ ቅዱስሂ ዘውእቱ እምአብ እምቅድመ ኮሉ አዝማን ዘአምነ ከመዝ ፍቱሕ ውእቱ ።	5. ወልደ እግዚአብሔር ፍጡር ከምዝኾነ ዝሓስብ ኮነ ዝዛረብ፣ ቀዳምን ሰዓብን ከይሃለዎ፡ ካብ አብ ኣካል ዘእምኣካል ባህርይ ዘእምባህርይ ከም ዝተወልደ ዘይኣምን እንተሎ፣ 'አብ ምስ መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ ፈጠሮ' ብምባል ዝሓስቡ እንተለዉ ውጉዛት ይኹኑ። እቶም ከምዚ ዚብሉስ ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን መለኮት ሓደ ከምዝኾነ ከምኡ ውን ሓደ ባህርይ ሓንቲ ኃይሊ ሓንቲ መንግሥቲ ሓደ ሥራሕ ሓንቲ ምኽሪ ከምዝኾኑ ኣይፈልጡን እዮም። አብ ቀድሚ ኮሉ ዘመን ዝነበረ እዩ፣ ካብ አብ ዝተወልደ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ወልድ ኸኣ ቀድሚ ኾሉ ፍጥረትን ዘመንን ዝነበረ እዩ፣ ካብ አብ ዝረደአ መንፈስ ቅዱስ ውን ቀድሚ ዘመን ዝነበረ እዩ። እቲ ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ካብ ውግዘት ፍቱሕ እዩ ።
ክፍል ፭	**ክፍሊ 5**
፮ እመቦ ዘይቤ በእንተ ቅድስት ሥላሴ ፭ዱ አካል አው ፭ዱ ገጽ እሙንቱ አው ይብሉ በእንተ አብ ከመ ውእቱ ወልድ ወይብሉ በእንተ ወልድ ከመ ውእቱ አብ አው ይብሉ በእንተ መንፈስ ቅዱስ ከመ ለሊሁ አብ ውእቱ አው ወልድ ወይሬስዩ ቅድስት ሥላሴ ፭ደ ገጸ ከመ ሰባልዮስ ረሲዕ ውጉዛነ ለይኩን ወዘሰ ይብል ወየአምን ከመ አብ በአካሉ ወበገጹ ወወልድ በአካሉ ወበገጹ ወመንፈስ ቅዱስኒ በአካሉ ወበገጹ በዝኮሉ ዘመን ወዘተወልደሂ እምአብ ወልድ ውእቱ	5. ብዛዕባ ቅድስቲ ሥላሴ፡ 'ሰለስቲኦም ኣካላት ሓደ ኣካል ሓደ ገጽ እዮም' ዝብል፣ ወይ ከኣ 'ንአብ ወልድ፡ ንወልድ ከኣ አብ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ውን አብ ወይ ድማ ወልድ' ዝብሉ፣ ከምኡ ውን ከም ከሓዲ ሰባልዮስ 'ናይ ሰለስተ ኣካላት ገጽ ሓደ እዩ' ዝብሉ እንተለዉ ውጉዛት ይኹኑ። እንተኾነ ግና ኮሉ ጊዜ አብ ብኣካሉን ብገጹን ፍሉይ እዩ፡ ወልድ ውን ብኣካሉን ብገጹን ፍሉይ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብኣካሉን ብገጹን ፍሉይ እዩ። እቲ ካብ አብ ዝተወልደ ወልድ እዩ፡ እቲ ካብ አብ ዝረደአ ውን መንፈስ ቅዱስ እዩ። ኣካላት ሰለስተ እዮም ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፫

ወመንፈስ ቅዱስሂ እምአብ ውእቱ ፫ቱ አካላት ወ፩ዱ መለኮት ዘአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወ፩ዱ ህላዌ ወአሐቲ መንግሥት ቀዳማውያን እሙንቱ ወህልዋን እስከ ለዓለም ዘአምነ ከመዝ ፍቱሕ ውእቱ ።

ክፍል ፮

፮ ነአምን ከመ ወልደ እግዚአብሔር ህልው በአካሉ ወበገጹ ውእቱ ተወልደ እምአብ እምቅድመ ኵሉ መዋዕል ወበደኃሪ መዋዕል ወረደ በእንተ መድኃኒትነ ወተሠገወ ወውእቱ ወልደ እግዚአብሔር እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል ንጽሕት ወኅሪት ወኮነ ሰብአ ከማነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወኢተሠገወ አብ ዳእሙ ወልድ ባሕቲቱ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ በእንተ መድኃኒትነ ወበእንተ አንጽሖትነ ዘሰ ኢየአምን ከመዝ ውጉዘ ለይኩን ።

ክፍል ፯

፯ እመቦ ዘይብል ከመ ድንግል ቅድስት ይእቲ ኃይል አርያማዊት ውጉዘ ለይኩን ወዘሰ የአምን በጽድቅ ከመ ድንግል ቅድስት ማርያም እምዘርአ ዳዊት ወይሁዳ ወአብርሃም ይእቲ በከመ ጽሑፍ ውስተ ቅዱሳት መጻሕፍት ፍቱሕ ውእቱ ።

ክፍል ፰

፰ እመቦ ዘይብል በእንተ ሥጋ ወልደ እግዚአብሔር እምሰማያት ውእቱ ወአውረደ ምስሌሁ እምአርያም ውጉዘ ለይኩን ።

ክፍል ፱

፱ እመቦ ዘኢየአምን ከመ ወልደ እግዚአብሔር ኢፍጡር ውእቱ ወተሠገወ በነፍስ ነባቢት ወለባዊት እምወላዲተ አምላክ ቅድስት ማርያም እንበለ ተፋልሶ ወኮነ ቃለ አብ ሰብአ ወሐመ በሥጋ በፈቃዱ በእንቲአነ ወሞተ ወተንሥአ እሙታን ወዓርገ ውስተ ሰማይ በሥጋ ዘነሥአ ወበውእቱ ሥጋ ይመጽእ ዓዲ ይኩንን ሕያዋነ ወሙታነ ወኮሎ ዓለመ ዘሰ ኢየአምን ከመዝ ውጉዝ ውእቱ ወዘየአምንሰ ፍቱሕ ውእቱ።

ቃለ ግዘት ም 123

ናይ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን መለኮት ሓደ እዩ። ባህሪኡም ሓደ፡ መንግሥቶም ሓንቲ እያ። ቅድሚ ዓለም ዝነበሩ፡ ንዓለም ውን ኣኅሊፎም ንዘለዓለም ዝነብሩ እዮም' ብምባል ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ካብ ውግዘት ፍቱሕ እዩ።

ክፍሊ 6

7. እቲ ብኣካሉን ብገጹን ፍሉይ ዝኾነ ወልደ እግዚአብሔር ንሱ ቅድሚ ዘመን ካብ አብ ከም ዝተወልደ፡ ብዳጎራይ ዘመን ውን ንኣና ንምድኃን ናብዚ ዓለም መጺኡ ሰብ ከምዝኾነ፣ ንሱ ወልደ እግዚአብሔር ካብታ ጎርይቲ ንጽሕቲ ቅድስት ድንግል ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ሥጋን ነፍስን ወሲዱ ብዘይ በይና ኃጢኣት ከማና ሰብ ከምዝኾነ፣ አብ ሰብ ከምዘይኮነ፡ ወልድ ደኣ ብፍሉይ ኣካሉ ንኣና ንከድኅንን ንከኽብርን ሰብ ከምዝኾነ ንኣምን። እቲ ከምዚ ኢሉ ዘይኣምን ግና ውጉዝ ይኹን ።

ክፍሊ 7

8. 'ቅድስቲ ድንግል ኣርያማዊት (ሰማያዊት) ኃይሊ እያ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን። ከምቲ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተጻሕፈ፣ እቲ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ዳዊት፡ ይሁዳን ኣብርሃምን ከም ዝኾነት ብሓቂ ዝኣምን ካብ ግዘት ፍቱሕ እዩ ።

ክፍሊ 8

9. 'ወልደ እግዚአብሔር ዝወሰዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ዝተረኽበ እዩ፡ ነቲ ሥጋኡ ውን ካብ ሰማይ ኺዝዎ መጸ' ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።

ክፍሊ 9

10. ወልደ እግዚአብሔር ዘይተፈጥረ ከምዝኾነ፣ ካብ ወላዲት ኣምላክ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ብዘይምልዋጥ እትፈልጥን እትዛረብን ነፍሲ ከምኡ ውን ሥጋ ወሲዱ ሰብ ከምዝኾነ፣ ቃለ አብ ሰብ ኮይኑ ምእንታና ብፍቃዱ ብሥጋ ከምዝሓመመን ከምዝሞተን ካብ ምዉታን ውን ተፈልዩ ከምዝተንሥአን በቲ ዝወሰዶ ሥጋ ናብ ሰማይ ከምዝዓረገን፣ በዚ ሥጋዚ ድማ ነዚ ዓለምዚ ንኬጎልፍን ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ንኺፈርድን ዳግማይ ከምዝመጽእ ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን። እቲ ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ግና ካብ ግዘት ፍቱሕ እዩ።

ቃለ ግዘት ም ፻፳፫	ቃለ ግዘት ም 123
ክፍል ፲	**ክፍሊ 10**
፲፩ እመቦ ዘይብል አልቦ ኤጲስ ቆጶስ አርቶዶክሳዊ ኢቀሲስ፤ ወኢዲያቆን ወይብል በዝንቱ ኅለፈት አርቶዶክሳዊት ወይብል ዓዲ አልቦ ጥምቀት ወኢሥጋ ወኢደም እንተ ዘክርስቶስ መድኃኒነ ውጉዘ ለይኩን።	11. ‘ቅኑዕ ሃይማኖት ዘለዎ ኤጲስቆጶስ ኮነ ካህንን ዲያቆንን የልቦን’ ዝብል እንተሎ፣ በዚ ውን ‘አርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ኃሊፋ እያ’ ዝብል፣ ከምኡ ውን ‘ጥምቀት ኮነ ናይ መድኃኒና ክርስቶስ ሥጋን ደምን የልቦን’ ዝብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፲፩	**ክፍሊ 11**
፲፪ እመቦ ዘይብል ከመ ወልደ እግዚአብሔር ወረደ ዘእንበለ ፈቃዱ አው ተሐበዮ ለብእሲ እምቅድመ ይፍጥሮ ወኢይቤ ከመ ለሊሁ ሐመ በፈቃዱ በእንቲአነ ውጉዘ ለይኩን ።	12. ‘እንከይፈተወ ወልደ እግዚአብሔር ሰብ ኮነ፡ ቅድሚ ምፍጣሩ ንኣዳም ዋሕስ ኮኖ’ ዝብል፣ ከምኡ ውን ‘ንሱ ምእንታና ብፍቓዱ መከራ ተቐበለ’ ዘይብል እንተሎ ውጉዝ ይኹን።
ክፍል ፲፪	**ክፍሊ 12**
፲፫ እመቦ ዘይቤ በእንተ ሥጋ ኣማኑኤል ርእየ ሙስና በውስተ መቃብር ኢይርአይ ዝንቱ ዘይቤ ከመዝ ሰብሐተ እግዚአብሔር ወዘሰ የአምን ከመ ቃለ እግዚአብሔር አብ በፈቃደ ርእሱ ባሕቲቱ ሐመ ወሞተ በእንቲአነ በፈቃደ አቡሁ በሥጋ ፍቱሕ ውእቱ።	13. ብዛዕባ ሥጋ ኣማኑኤል ውን ‘ሙስና መቓብር ረኸቦ’ ዝብል እንተሎ፣ እቲ ከምዚ ዝብል ሰብ ኮቲ ካብ እግዚአብሔር ዝርከብ ክብሪ ኣይውረስ፣ እቲ ‘ቃለ እግዚአብሔር **አብ** ብገዛእ ፍቓዱን ብፍሉይ ኣካሉን ሓመመ፡ ምእንታና ውን ብፍቓድ ኣቦኡ ሞተ’ ኢሉ ዝኣምን ግና ካብ ግዘት ፍቱሕ እዩ።
ክፍል ፲፫	**ክፍሊ 13**
፲፬ እመቦ ዘይትሀበል በሐልዮ ልቡ ወይብል ከመ አልቦ ሃይማኖት አው ዘይብል ኢየኃድር እግዚአብሔር ውስተ አብያተ ክርስቲያን አርቶዶክሳውያን ወይብሉ በዕበዶሙ ጠፍኣት ሃይማኖት አርቶዶክሳዊት እለ ይብሉ ከመዝ ነኪራን እሙንቱ እምአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወባሕቱ አ ፍቁራንየ በኢየሱስ ክርስቶስ ተዐቀቡ እምኮሉ ሰሕተተ እሉ ጸራፍያን ወአሰስሉ እምኔክሙ ክሕደቶሙ እኩየ ወኮሎ ክርዳደ ዕልወት ወናፍቆ እንተ ዘዐላውያን ወኮሎ እኩየ ወኮሎ መቅሠፍተ ወሀከተ ሰይጣናዊ እስመ ውእቱሰ ኢያጸርዕ እምአሥግሮተ ሰብእ በኮሉ ዘመን በሐልዮ እንተ ምሉእ ዛሕለ ዝንቱ ዘያበጽሕ ውስተ ዕመቀ ሲኦል ።	14. ብልቡ ሓሲቡ ብድፍረት፡ ‘ሃይማኖት የለን’ ዝብል፣ ወይ ከኣ ‘እግዚአብሔር ኣብቶም ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝብሉ ኦርቶዶክሳውያን ኣብያተ ክርስቲያን ኣይኃድርን እዩ’ ዝብል እንተሎ፣ ሰኣን ፍልጠቶም ውን ‘እታ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ እት-በል ኦርቶዶክሳዊት ሃይማኖት ኃሊፋ እያ፡ ጠፊኣ እያ’ ዝብሉ እንተለዉ፣ እዞም ከምዚ ዝብሉ ካብ **አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን** ዝተፈልዩ እዮም። ግናኸ ፍቁራተየ! ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚንኩም ካብ ሰሕተት ናይዞም ንእግዚአብሔርን ንሰብን ዝጸርፉ ተሓለዉ። ነቲ እኩይ ክሕደትን ዓላውያን ዘምጽእዎ ኮሉ ናይ ጥርጥርን ክሕደትን ኣመል፡ ንክፋእ ነገርን ነቲ ሰይጣን ዘለዓዕሎ ሀከትን መቐዘፍትን ካባኻትኩም ኣርሕቑ። ምኽንያቱ ንሱ ኮሉ ጊዜ ቡቲ ናብ ዓሚቑ ጉድጓድ ሲኦል ዘውርድ ድንቁርና ዝመልኣ ሓሳብ ንሰብ ካብ ምስንኻል ኣይዓርፍን እዩ።
፲፭ ወዓዲ ጎድጉ እምኔክሙ መጻሕፍተ ዕልወት እለ ምሉአን ክሕደተ እንተ ዘሐራ ጥቃ ዐላውያን እኩያን ወሐሳውያን በኮሉ ዘመን ወባሕቱ አንትሙሰ ግበሩ ምግባረ ዘይደሉ ለተድላ	15. ከምኡ ድማ ነቲ እቶም ኮሉ ጊዜ ሓሰውትን ክፋኣትን ዝኾኑ መናፍቓን ሓራ ጥቃ ዝጸሓፍዎም ክሕደት ዝተመልኡ ናይ ሓሶት መጻሓፍቲ ካባኻትኩም ኣርሕቁ። ንስኻትኩምሲ ናብቲ ኣብ

ቃለ ግዘት ም ፻፳፫	ቃለ ግዘት ም 123
መንግሥተ ሰማያት ዝንቱ ዘአስተዳለወ እግዚእነ ወአምላክነ ከመ ንትጋህ በእንቲአሆሙ እሉ እሙንቱ ሃይማኖት ወተፋቅሮ ወተስፋ ወኮሉ ፍሬ ዘመንፈስ ቅዱስ ዝንቱ ዘያነጽሐነ በአለብዎቱ ዘልፈ ወይሬስየነ ንትባዛኅ በኮሉ ጊዜ ለኮሉ ጎሩት በእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝንቱ ዘሎቱ ይደሉ ስብሐት ወክብር ምስለ አቡሁ ኄር መሐሪ ወምስለ መንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ዘዕሩይ ምስሌሁ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን።	መንግሥተ ሰማያት ዝርኩበ ሓጎስ ዘበቅዕ ሥራሕ ደኣ ሥርሑ። ንሱ ድማ ጕይታናን ኣምላኽናን ስሌኦም ማለት ስለ ሃይማኖት፡ ስለ ፍቕሪ፡ ስለ ተስፋ ከምኡ ውን ስለቲ ብረድኤት መንፈስ ቅዱስ ዝሥራሕ ኮሉ ትሩፋት ምእንቲ ኽንተግህ ዘዳለዎ እዩ። እዚ ኸኣ ነቲ ንኣምላኽናና ብምፍላጥ ዘኽብረና፡ ከምኡ ውን ብልግሲ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ጸጋ ንኽንረክብ ኮሉ ሳዕ ናብ ፍጹምነት ዘብጽሓና እዩ። ንሱ እቲ ምስቲ ለዋህ ኣቦኡን ምስኡ ማዕረን መድኃንን ዝኾነ መንፈስ ቅዱስን ክብርን ምስጋናን ዝግብኦ እዩ ሎምን ኮሉ ሳዕን ንዘለዓለምን ኣሜን።
ተፈጸመ ዝንቱ መጽሐፈ ሃይማኖተ አበው ቡሩክ እምዝሀሳተ አበው ቅዱሳን ሊቃነ ጳጳሳት ወስብሐት ለእግዚአብሔር አሜን ።።	*እዚ ካብቲ ቅዱሳን ሊቃነ ጳጳሳት ዝበልዎ ዘተጠርነፈ፡ ነቲ ቅኑዕ ሃይማኖተ አበው ዝሕግር መጽሓፍ ተፈጸመ። ንእግዚኣብሔር ምስጋና ይኹና፡ ኣሜን ።።!*
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖



“ ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቂርሎስ ከምዚ በለ፥ ‘ክርስቶስ፡ ኣብቲ ዳኃረዋይ ዘመን ካብታ ኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ንኣና ንምድኃን ሰብ ኮነ፣ ንኣና ዝመስል እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ካብኣ ወሰደ፣ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቃል ኣብ ማኅፀነ ድንግል ምውሓዱ ሥጋ ኣይተቀርጸን፡ ከምዚ እንተዝኾውን ደኣ ከመይ ኢልካ ቃል ሥጋ ኮነ ምተባህለ፤

ስምዓት 124፡1

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
ምዕራፍ ፻፳፬ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 124 ክፍሊ 1**
፩ ዘእመጻሕፍተ አበው ቅዱሳን እለ ይከውኑ ስምዐ በእንተ ትሥጉተ እግዚአብሔር ቃል ይቤ ቂርሎሰ ርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዘእለ እስክንድርያ ተሠገወ ክርስቶስ በደኃሪ መዋዕል በእንተ መድኃኒትነ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም ድንግል በዝኑ ጊዜ ነሥአ እምኔሃ ሥጋ ዘይትዔረየነ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወኢጸንዐ እምቅድመ ይትዋሐድ እግዚአብሔር ቃል ቦቱ እምውስተ ከርሠ ድንግል ወሶበ ኮነ ከመዝ እፎኑ ኮነ ይትበሀል ቃል ሥጋ ኮነ።	1. ካብቶም ብዛዕባ ናይ እግዚአብሔር ቃል ሰብ ምኻን ዝምስክሩ ቅዱሳን ኣበው ዝጸሓፍዎም መጽሓፍቲ ዝተዋጽኣ ክፍሊ እዩ። ናይ እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቂርሎስ ከምዚ በለ፥ 'ክርስቶስ፡ ኣብቲ ዳኃረዋይ ዘመን ካብታ ኵሉ ጊዜ ድንግል ዝኾነት ማርያም ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ንኣና ንምድኃን ሰብ ኮነ፣ ንኣና ዝመስል እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ካብኣ ወሰደ፣ ቅድሚ እግዚአብሔር ቃል ኣብ ማኅፀነ ድንግል ምውሓዱ ሥጋ ኣይተቀርጸን፡ ከምዚ እንተዝኸውን ደኣ ከመይ ኢልካ ቃል ሥጋ ኮነ ምተባህለ፤
፪ ወካዕበ ይቤ እፎኑ ይጸንዕ ሥጋ ዘተፈጥረ ወዓዲ ይቤ ንሕነሰ ንቤ በእንቲኣሁ እሙነ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ በውስተ ከርሠ ድንግል ወካዕበ ይቤ እስመ ሥጋሰ ሥጋ ውእቱ ወኢኮነ መለኮተ ወቃልሂ አምላክ ውእቱ ወኢኮ ሥጋ ወእመሰ ኮነ ሥጋ እግዚአብሔር ወለእመሂ ረሰየ ሎቱ ሥጋ በሥርዓት ዘሠርዐ ለርእሱ ውእቱሰ አምላክ።	2. ከምኡ ውን ከመይ ኢሉ ፍጡር ሥጋ ኣቐዲሙ ይቕረጽ' በለ። ደጊሙ ውን 'ንሕናስ ብዛዕባኡ ኣብ ማኅፀን ድንግል ዝወሓዶ ሥጋ ፈጠረ ንብል' በለ። ከምኡ ውን ከምዚ በለ፥ 'እቲ ሥጋ ሥጋ እዩ፡ መለኮት ኣይኮነን፣ ቃል ውን ኣምላኽ እዩ፡ ሥጋ ኣይኮነን፣ ዋላ እኳ እግዚአብሔር ሰብ እንተኾነ ከምኡ ውን ቦቲ ንርእሱ ዝገበሮ ተዋሕዶ ንሥጋ ገንዘብ እንተገበረ፡ ንሱስ ኣምላኽ እዩ ።
፫ ወካዕበ ይቤ በውስተ ፲ቱወ፪ቱ ግዘት እመቦ ዘኢይትአመን በቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ሐመ በሥጋ ወተሰቅለ በሥጋ ወጥዕመ ሞተ በሥጋ ወኮነ በዅረ ለዘተንሥአ እሙታን በከመ ጽሑፍ ውጉዘ ለይኩን ወካዕበ ይቤ እስመ ዘሐመሰ መድኅነ ዓለም ውእቱ ወኢይደሉ ይሕምም ውእቱ በህላዌ መለኮት ባሕቲቱ ወባሕቱ ቃል ዘተወልደ እምእግዚአብሔር አብ ኮነ ሥጋ ወሐመ ቦቱ ወበእንተ ዝንቱ ረሰየ ምግባራተ ሥርዓተ ሥጋ በምግባር ዘይሜኒ ወይእዜኒ ደለዎ ከመ ይሕምም በሥጋ ዘረሰየ ሎቱ ለባሕቲቱ።	3. ከምኡ ድማ ኣብቲ 12 ቃለ ግዘት፥ 'ብሥጋ ከምዝሓመመ፡ ብሥጋ ከምዝተሰቕለ፡ ብሥጋ ከምዝሞተ፡ ከምቲ ዝተጻሕፈ ውን ካብ ምዉታን ተፈልዩ ኣቐዲሙ ዝተንሥአ ቦኾሪ ከምዝኾነ ብእግዚአብሔር ቃል ዘይኣምን እንተሎ ውጉዝ ይኹን' በለ። እቲ ዝሓመመ መድኃኔ ዓለም እዩ፡ ግና ንሥጋ ከይተዋሓደ ቦቲ ባህርየ መለኮቱ ሓመመ ክብሉ ኣይግባእን። እቲ ካብ እግዚአብሔር **አብ** ዝተወልደ ኣካላዊ ቃል ደኣ ሰብ ኮይኑ ሓመመ እምበር። ስለዚ ድማ ብዘሐጉስ ተዋሕዶ ነቲ ሰብ ዝኾነሉ ተዋሕዶ ዝግባእ ሥራሕ ሠርሐ። ሕጂ ኸኣ ቦቲ ንእኡ ንበይኑ ገንዘብ ዝገበሮ ሥጋ መከራ ክቕበል ግቡኡ ኾነ ።
፬ ወካዕበ ይቤ ኢሐመ እግዚአብሔር ቃል በህላዌ መለኮቱ በተቀሥፎሂ ወበተቀንዎ ቅንዋት ወእለ ተረፉ ሕማማት እስመ መለኮትሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ወኢኮነ ሥጋ ወባሕቱ በሥጋ ዘነሥአ ሎቱ ለሊሁ ውእቱ ዘሐመ በእንቲኣነ ወዓዲ ንሕነሰ መሢሐውያን ንብል ሐመ በሥጋ እንተ ዘለብሶ ክርስቶስ እስመ መለኮትሰ ኢሐማሚ ውእቱ ወካዕበ ይቤ እስመ ሐራ ጥቃ ዐላውያን ቀደምት ኮኑ ይብሉ በዕበዶሙ ውእቱ ነሥአ	4. ደጊሙ ውን፥ 'እግዚአብሔር ቃል ቦቲ ባህርየ መለኮቱ ብመግረፍቲ ኾነ ብምሸንካር ቅንዋትን ቦቶም ዝተረፉ ሕማማትን ኣይሓመመን' በለ። ምኽንያቱ መለኮት ሕማምን ሞትን የብሉን፣ ፍጡር ውን ኣይኮነን። እኳ ደኣ ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ ምእንታና ሓመመ። ደጊሙ ውን "ንሕና ክርስቲያን፥ መለኮት ዘይሓምም ስለዝኾነ፡ ክርስቶስ ቦቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ። ከምኡ ውን ቦቲ ድንቕርናኡም እቶም ናይ መጀመርታ መናፍቃን ሓራ ጥቓ፥ 'ንሱ እግዚአብሔር ቃል ካብቲ ባህሪኡ ንዝወሓዶ ሥጋ

ስምዓት ም፡ ያሸ፬	ስምዓት ም፡ 124
ሎቱ ሥጋ ቃለ እግዚአብሔር እምህላዌሁ ባሕቲቱ ዘውእቱ ፈጠረ ሎቱ ሥጋ እመለኮቱ ወንሕነሰ ንተሉ በኵሉ ጊዜ ቃለ መጻሕፍት ቅዱሳት ንባበ እግዚአብሔር ዘአግሀዱ ለነ ወንብል ነሥአ ሎቱ ሥጋ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ።	ፈጠረ፡ እዚ ድማ እቲ ንክዋሓዶ ካብ መለኮቱ ዝፈጠሮ ሥጋ እዩ' ይብሉ፣ ንሕና ግና ኵሉ ጊዜ ዘብርሁልና፡ እግዚአብሔር ዝተዛረቦ ቃል ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተኸቲልና፡ ካብ ወላዲት አምላኽ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ ንብል" በለ።
፭ ወካዕበ ይቤ ከመዝ ነአምን ወንትአመን በቃለ እግዚአብሔር ከመ ውእቱ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ ወባሕቱ ተጥለቁ ሎቱ ሕማመ ትስብእት ወበከመ ንሕነ ነአምር ተፈልጦተ ህላዌያት እሉ ዘኮነ እምኔሆሙ ክርስቶስ እንተ ዘትስብእት ወዘመለኮት ኢንፈልጦሙ ለግሙራ ወኢንቤ ፪ቱ ህላዌያት እምድኅረ ተዋሕዶ ዓዲ ይቤ ኢፈጠረ ሥጋሁ ቅዱስ እምህላዌ መለኮቱ አላ ዳእሙ ነሥአ ፈድፋደ እምድንግል ንጽሕት ወእመ አኮሰ እፎ ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ዳእሙ ሶበ ለሊሁ ለብሰ ሥጋ ሰብእ።	5. ከምኡ ውን ናይ ሥጋ ሕማም ደኣ ተነግረሉ እምበር ዘይሓምምን ዘይመውትን ከምዝኾነ ብእግዚአብሔር ቃል ከምዚ እናበልና ንኣምንን ንተኣማመንን። ናይዘም ክርስቶስ ሓደ ዝኾነሎም መለኮትን ትስብእትን ባህርያት ብዘይ ምትሕውዋስ ከም እንፈልጦ መጠን ፈጺሙና ኣይንኸፍሎምን ድኅሪ ተዋሕዶ ውን ክልተ ባህርያት ኣይንብል። ከምኡ ድማ ኑቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ዝገበሮ ሥጋኡ ካብ ንጽሕት ድንግል ደኣ ወሰዶ እምበር ካብ ባህርየ መለኮቱ ኣይፈጠሮን። ናይ ሰብ ሥጋ ምስ ዝዋሓድ እዩ እምበር ብዘይ እዚ ደኣ ከመይ ኢሉ ሰብ ክኸውን፧
፮ ንሕነሰ ንሌቡ አምሳሊሁ ለትስብእት ወንብል ለእመሂ ኮነ ክርስቶስ እም፪ቱ ህላዌያት እንከሰኬ ናሁ ተዋሐዱ በበይናቲሆሙ ወኮነ ፩ደ ህላዌ እንበለ ተፈልጦ ወኢትድምርት ወኢውላጤ እሰመ ሥጋሰ ሥጋ ውእቱ ወኢኮነ መለኮተ ወእመሰ ኮነ ሥጋ እግዚአብሔር ቃልሂ አምላክ ውእቱ ወአኮ ሥጋ ወረሰየ ሎቱ ሥጋ ከመ ዘሎቱ ውእቱ ወኮነ ይቤ ንሕነሰ ኢንቤ ከመ ሥጋ ቅዱስ እንተ ዘክርስቶስ ተወለጠ እምቅድመ ትንሣኤ ወኢእምድኅረ ትንሣኤ ወኢንብል በእንቲአሁ ከመዝ ለግሙራ።	6. ንሕና ኑቲ ናይ ሥጋ ነገር ንፈልጦ ኢና፣ ክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርያት ሓደ ምስ ዝኾውን፡ እምበኣር እንሆ ባህርያት ኑሓድሕዶም ተዋሓዱ፡ ብዘይምልዋጥን ብዘይምትሕውዋስን ብዘይምፍልላይን ሓደ ባህርይ ኮኑ' ንብል ኣሎና። ሥጋ ውን ሥጋ እዩ እምበር ተለዊጡ መለኮት ዝኾነ ኣይኮነን። ዋላ እኳ እግዚአብሔር ሥጋ እንተኾነ ቃል ኣምላኽ እዩ እምበር ተለዊጡ ሥጋ ዝኾነ ኣይኮነን። ገንዘቡ ብምኾኑ ደኣ ንሥጋ ብተዋሕዶ ገንዘብ ገበሮ ። ደጊሙ ውን 'ንሕናስ እቲ ክርስቶስ ዝወሰዶ ሥጋ ቅድሚ ትንሣኤን ድኅሪ ትንሣኤን ተለወጠ ኣይንብልን' በለ። ፈጺሙና ከምዚ ኣይንብልን ኢና።
፯ ወዓዲ ኢንብል ከመ ውእቱ ዘእንበለ ነፍሰ ወኢልቡና ወባሕቱ ነአምን ከመ ፩ዱ ህላዌ ውእቱ እግዚአብሔር ቃል ዘተሠገወ ወካዕበ ይቤ በሥጋ ዘነሥአ ሎቱ ከመ ይኩን መድኃኔ ኵሉ ፍጥረት ሐመ ወሞተ ወውእቱ ክመ ውእቱ ወኢተወለጠ መለኮት ምንተኒ ፍጹመ ወካዕበ ይቤ ወባሕቱ እሰመ ግብርሰ ክሡት ውእቱ ከመ ለሊሁ ክመ ውእቱ ዘይነብር ላዕለ ፩ዱ መንበር ምስለ አቡሁ በ፩ዱ ህላዌ ወተቀብዐ ምስሌነ ከመ ሰብእ ሶበ ተሠገወ ወኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ዘቦቱ ነፍሰ ነባቢት ወለባዊት።	7. ከምኡ ውን 'እቲ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ከምዝኾነ ንኣምን ደኣ እምበር ነፍሲ ኮነ ፍልጠት የብሉን ኣይንብልን፣ ከምኡ ውን መድኃኒ ኵሉ ፍጥረት ምእንቲ ክኸውን ቡቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ሓመመን ሞተን። ንሱ ግና ኵሉ ጊዜ ንሱ እዩ፣ መለኮት ፈጺሙ ኣይተለወጠን' በለ። ንሱ ኵሉ ጊዜ ብሓደ ባህርይ ምስ ኣቦኡ ኣብ ሓደ ዙፋን ዝነብር ከምዝኾነ፣ እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ምሳና ሓደ ከምዝኾነ ነገሩ ፍሉጥን ርዱእን እዩ ።
፰ ወካዕበ ይቤ ቃለ እግዚአብሔርሰ ኢሐማሚ ወኢመዋቲ ውእቱ በህላዌ መለኮቱ በከመ	8. ከምኡ ውን 'ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ እግዚአብሔር ቃል ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምምን

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
አቅደምኩ ወእቤ ወባሕቱ እብል ሐመ ክርስቶስ በሥጋ በከመ ጽሑፍ ወካዕበ ይቤ ቃለ እግዚአብሔር ኢሐማሚ ውእቱ በህላዌ መለኮቱ በከመ አቅደምነ ወንቤ በእንቲአሁ ሐመ በሥጋሁ ባሕቲቱ ዘነሥአ እምኔነ በከመ ይቤላ መጻሕፍት ቅዱሳት ወለሊሁ ህልው በሥጋ ዘየሐምም ወዓዲ ይቤ ሐመ በሥጋ ወኢሐመ በመለኮት ወይቤ እስመ እግዚአብሔርስ ኢሐማሚ በህላዌ መለኮቱ ወባሕቱ ሐመ በሥጋ ዘነሥአ እምኔነ ወለሊሁ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ።	ዘይመውትን እየ። እኳ ደኣ ከምቲ ዝተጻሕፈ ክርስቶስ ብሥጋ ሓመመ እብል ኣሎኹ' በለ። ደጊሙ ኸኣ 'እግዚአብሔር ቃል ከምቲ ሰሌኡ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ብባህርየ መለኮቱ ዘይሓምምን ዘይመውትን እየ፣ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምዝበልዎ ቡቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ጥራይ ሓመመ፣ ንሱ ምስቲ ዝሓምም ሥጋ ተዋሒዱ ይነብር' በለ። ከምኡ ውን 'ብሥጋ ሓመመ ብመለኮት ግና ኣይሓመመን' በለ። እግዚአብሔር ብባህርየ መለኮት ዘይሓምምን ዘይመውትን እየ፣ እኳ ደኣ ቡቲ ካባና ዝወሰዶ ሥጋ ሓመመ፣ ንሱ ምስቲ እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ሥጋ ሓደ ኾነ' በለ ።
፱ ወካዕበ ይቤ ንብል በእንቲአሁ ከመ ውእቱ ኮነ ፭ደ ምስሌነ ወፈጸመ ኵሎ ዘዚአነ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወእመሰ ኮኑ ተምያጠ ወተውላጠ ህላዌያት ብዙኃን እንተ ኮነ እምኔሆሙ ተዋሕዶተ ክርስቶስ መድኃኒነ ወተዋሕዶሰ ያሴሰል እሎንተ ተፈልጦተ እንተ ፪ቱ ህላዌያት ዘውእቶሙ መለኮት ወትስብእት በከመ ንብል ብዙኅ ጊዜያተ ዓዲ ይቤ ንሕነሰ ንበ በእንተ ተዋሕዶተ እግዚአብሔር ቃል ዝንቱ ውእቱ ዘአሰሰለ ተፈልጦተ ህላዌያት ዘኮነ እምኔሆሙ አማኑኤል ወባሕቱ አሰሰለ ፍልጠተ ከመ ኢይኩን ፪ተ ህላዌያተ እምድኅረ ተዋሕዶ ዘኢይትነገር ።	9. ደጊሙ ውን 'ብዛዕብኡ፣ ንሱ ምሳና ሓደ ከምዝኾነ፣ ብዘይ በይና ኃጢኣት ውን ንኮሉ ናትና ሥራሕ ከምዝሠርሐ ንዛረብ' በለ። እቶም ባህርያት ዝፋለሱን ዝለዋወጡን እንተኾይኖም፣ እቲ ካብኡም ናይ መድኃኒና ክርስቶስ ተዋሕዶ ዝተገብረሎም ባህርያት ብዙኃት እየም ማለት እየ። ከምቲ ደጋጊምና ዝበልናዮ ግና ተዋሕዶ ነቲ ምፍልላይን ምልውዋጥን ናይ ክልተ ባህርያት ምፍልላይን የጥፍእ። እዚኣቶም ድማ መለኮትን ትስብእትን እየም። ንሕናስ ብዛዕባ ናይ እግዚአብሔር ቃል ተዋሕዶ፣ ነቲ ናይቶም ካብኡም ኣማኒኤል ሓደ ዝኾነሎም ባህርያት ምፍልላይ ዘርኣኾ ንሱ እየ። ድኅሪ እቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ውን ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ምእንቲ ከይበሃል ምፍልላይ ኣርሓቑ ንብል ኣሎና' በለ ።
፲ ወካዕበ ይቤ ሐመ በሥጋ ወኢሐማሚ ውእቱ በመለኮት ውእቱሰ ይትገመር በሥጋ ወለሊሁ ኢይትገመር በመለኮት ወውእቱ ክመ እምድር እስከ ሰማይ ወካዕበ ይቤ እመኒ ውእቱ አምላክ ኮነ ሰብአ ውእቱሰ ኢይትዌለጥ እምህላዌ መለኮት ወለሊሁ አምላክ ውእቱ ወእመኒ ነሥአ ሎቱ ሥጋ ወኮነ ከመ ፍጡራን ውእቱ ይትሌዐል እምኮሉ ፍጥረት እንዘ ለሊሁ ሐጋጌ ሕግ ወሠራዒሃ ውእቱሰ ቦአ ታሕተ ሕግ ወእንዘ ውእቱ እግዚአብሔር ወአምላክ ነሥአ ሎቱ አርአያ ንብር ወቦቱ መዓርግ ዘመንግሥት ።	10. ደጊሙ ድማ "ብሥጋ ሓመመ ብመለኮት ግና ዘይሓምም እየ። ንሱ ብሥጋ ብሓፂር ቁመትን ብጸቢብ ደረትን ይውሰን፣ ብመለኮት ግና ኣይውሰንን እየ፣ ንሱ ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ እየ' በለ። ዋላ እኳ ኣምላኽ ንሱ ሰብ እንተኾነ ካብ ባህርየ መለኮቱ ኣይልወጥን እየ፣ ንሱ ኣምላኽ እየ። ዋላ እኳ ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ እንተኾነ ንሱሰ ልዕሊ ፍጡራን እየ። ሓጋጌ ሕግን ሠራዒኣን እንከሎ ንሱ ድኅሪ ዘመን ኣብ ትሕቲ ሕጊ ተረኽቡ 'ፈጻሚ ሕጊ' ተባህለ። ጐይታ ፈጣሪ ክኾውን ከሎ ንሱ ናይ ግዙእ ኣዳም ባህርይ ተዋሓደ። ናይ ባህርይ መንግሥት ናቱ እየ" በለ።
፲፩ ዓዲ ይቤ ውእቱሰ ኢሐማሚ ውእቱ ወእፎኑ ኮነ በዝንቱ መዓርግ አሐደ ዘኢተፈጥረ ምስለ ፍጡራን ወካዕበ ይቤ እስመ ክርስቶስ ሐመ በሥጋ ባሕቲቱ ወአኮ በህላዌ መለኮቱ ወካዕበ ይቤ መኑ ውእቱ ዝንቱ አብድ ከመዝ ዘይቤ እስመ ባሕርይ ዘይትሌዐል እምኮሉ ባሕርያት ሐመ ወይሬስዮ ለቀዳማዊ ዘአልቦቱ ሥጋ	11 ከምኡ ኸኣ 'ንሱ ዘይሓምም እየ' በለ። 'በዚ መዓርግዚ (ሕማምን ሞትን) እቲ ፈጣሪ ምስ ፍጡራን ከመይ ኢሉ ሓደ ኮነ፧' በለ። ከምኡ ኸኣ 'ክርስቶስ ብባህርየ መለኮቱ ዘይኮነስ ብሥጋ ሓመመ' በለ። ደጊሙ ድማ "ከምዚ ዝብል፣ እቲ ላዕሊ ኮሉ ባህርያት ዝኾነ ባህርይ ሓመመ ኢሉ ዝተዛረበ፣ ከምኡ ውን ነቲ ልዕሊ ኮሉ ፍጥረት ዝኾነ ቀዳማዊ፣

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
ዘይትሌዐል እምኮሉ ግብር ለኀበ ድካመ ፍጡራን ይቤ ንሕነሰ መሢሐውያን ነአምሮ በዝንቱ አርአያ ከመ ለሊሁ ሐመ በሥጋሁ ባሕቲቱ ወኢሐማሚ ውእቱ በመለኮቱ ።	ንሱ ከም ፍጡራን ድኹም ዝንብሮ ዓሻ መን እዩ፧' በለ። ንሕና ክርስቲያን ግና ብሥጋኡ ጥራይ ከም ዝሓመመ ብመለኮቱ ግና ዘይሓምም ከምዝኾነ በዚ መልክዕዚ ንፈልጦ" በለ።
፲፪ ወካዕበ ይቤ ወኢንበ አውረደ ሥጋሁ እምሰማይ ምስሌሁ ውእቱ አስተርአየ በምትሐት ሐሰ ሎቱ እምዝንቱ አላ ነአምን ቦቱ ከመ ለሊሁ ነሥአ ሥጋ እምእግዝእትነ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ወየረቶ በከርሣ ፱ት አውራኀ ወወለደቶ ወተፀንሶቱኒ ኮነ እመንፈስ ቅዱስ ወአኮ እምዘርአ ብእሲ ወባሕቱ ንሕነሰ ኢንበ እስመ ሥጋ ዘተወልደ እምእግዝእትነ ማርያም ተወለጠ በከዊነ ህላዌ መለኮት እስመ ኢይትከህል ይትወለጥ ዘተፈጥረ ለከዊነ መለኮቱ ዘኢተፈጥረ።	12. ደጊሙ ኸኣ ከምዚ በለ፥ "ነቲ ዝተዋሓዶ ሥጋ ካብ ሰማይ ጎዝዎ መጸ፣ ንሱ ብሓሶት ምትሓት ተራእየ ኣይንብልን። ከምዚ ኣይብሃልን እዩ፣ ካብ ወላዲት ኣምላኽ እመቤትና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ከምዝወሰደ፡ ትሸዓተ ወርኀን ኃሙሽተ መዓልትን ኣብ ማኅፀና ከምዝወሰነቶ፡ ከምዝወለደቶ፡ ምዕናሱ ውን ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እምበር ብዘርኢ ብእሲ ከምዘይኮነ ንኣምን። ንሕና ድማ እቲ ካብ እመቤትና ድንግል ማርያም ዝተረኽበ ሥጋ ናብ ባህርየ መለኮት ምኂን ተለወጠ ኣይንብልን። እቲ ፍጡር ሥጋ ናብ ዘይተፈጥረ ባህርየ መለኮት ምኂን ክልወጥ ኣይክእልን እዩ ።
፲፫ ወካዕበ ይቤ ዘፍሉጥ እምኮሉ ዓለም በህላዌሁ ወአልቦ ዘይትማሰሎ ወእሙር ውእቱ ለሊሁ እግዚአብሔር ቃል ቦኡ ኀቤሃ ወኮነ ሰብአ ፍጹመ ወኢዐረቀ እምህላዌ መለኮቱ ወበእንተ ዝንቱ ንሕነ ንሰግድ ሎቱ ምስለ ሥጋሁ አሐተ ስግደተ እስመ ወልድ ዋሕድ ውእቱ ለአቡሁ ወካዕበ ይቤ ኢሐመ በህላዌ መለኮቱ ባሕቲቱ ወባሕቱ ፩ዱ ውእቱ በአካል ምስለ ሥጋ ዘተፈጥረ ወዘይመውት ወባሕቱ ዘተወልደ እምድንግል ቅድስት ዘተፈጥረ እመንፈስ ቅዱስ ወአምላል ዘኢይትነገር ቦቱ ተርእየ ዲበ ምድር ተሰምየ ወልደ ዋሕደ ነአምን ቦቱ ከመ ለሊሁ ወልድ ዕሩይ ምስለ አብ በህላዌ መለኮቱ ወውእቱ እግዚአብሔር ዘበአማን።	13. ከምኡ ኸኣ 'እቲ ብባህርይ ካብ ኵሉ ዓለም ፍሉይ ዝኾነ፡ ዝመሰሎ ዘይብሉን ዝተፈልጠን ንሱ ባዕሉ እግዚኣብሔር ቃል ንባህሪኣ ባህሪኡ ጌሩ ፍጹም ሰብ ኮነ። ካብ ባህርየ መለኮቱ ውን ኣይተፈልየን። በዚ ድማ ንሕና፣ ንሱ ሓደ ወዲ ንኣቦኡ እዩ እሞ ካብ ሥጋኡ ከይፈለየ ሓንቲ ስግደት ንሰግደሉ' በለ። ከምኡ ድማ 'ምስቲ ፍጡርን መዋትን ዝኾነ ሥጋ ሓደ ኣካል እዩ እምበር፡ ሥጋ ከይተዋሓደ ብባህርየ መለኮትቱ ኣይሓመመን። ቡቲ ዘይምርመር ተዋሕዶ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ሰብ ኮይኑ፡ ካብ ንጽሕት ድንግል ዝተወልደ ንሱ ብሥጋ ኣብዚ ዓለምዚ ተገልጸ። ሓደ ወልድ ተባህለ። ንሱ ወልድ ብባህርየ መለኮቱ ምስ አብ ሓደ ከምዝኾነ፡ ብሓቂ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ብእኡ ንኣምን ።
ክፍል ፪	**ክፍሊ 2**
፲፬ እመልእክተ ቅዱስ ቂርሎስ ኀበ ነገሥት እስመ ክርስቶስ አምላክ ውእቱ ወአኮ ብእሲ ዕሩቅ በባሕቲቱ ይቤ በእንቲአሁ ረድኡ በጥበብ ወበለብዎ ልብ እስመ ክርስቶስሰ ሐመ በሥጋ በፈቃዱ ወኢሐመ በህላዌ መለኮቱ ወለሊሁ ርሑቅ እምኮሉ ሕማም ወነኪር እምኔሁ ሕማም ወባሕቱ ሐመ ይእዜ በሥጋሁ ባሕቲቱ በከመ ተበህለ በእንቲአሁ ሐመ በሥጋ ከመ ሰብእ ወውእቱ ኢሐማሚ በህላዌሁ ከመ አምላክ ውእቱ ወከመዝ ነአምሮ ከመ ለሊሁ ተቀብዐ ከመ ሥርዓተ ትስብእት ወዳእሙ ውእቱ ዘይቀብዕ ርእሶ በመንፈሱ ባሕቲቱ።	14. ካብቲ ቅዱስ ቂርሎስ ናብ ነገሥታት ኣርቃድዮስን ቴዎድሰዮስን፣ ክርስቶስ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ንብይኑ ዕሩቕ ብእሱ ከምዘይኮነ ንኽረድኡ ዝለኣኾ መልእኽቲ፣ ብዛዕባኡ እቲ ወዲ መዝሙሩ ጴጥሮስ ብሃይማኖትን ብምስትውዓልን ክርስቶስ ብፍቃዱ ብሥጋ ከምዝሓመመ፡ ብባህርየ መለኮቱ ግና ከምዘይሓመመ ተዛረበ። ምኽንያቱ ንሱ ካብ ኵሉ ሕማም ርሑቕ እዩ፡ እቲ ሕማም ውን ካብኡ ዝረሓቐ እዩ። እንተኾነ ግና ሕጂ ብሥጋ ጥራይ ሓመመ። ሰብ ብምኾኑ ብሥጋ ሓመመ፣ ኣምላኽ ብምኾኑ ድማ ብባህርይ ዘይሓምም እዩ' ተባሂሉ ብዛዕባኡ ከምዝተነግረ፣ ሰብ ብምኾኑ ብተዋሕዶ ከምዝኾበረ ንፈልጥ ኢና። ግና ብገዛእ ሥልጣኑ ንርእሱ ዘኽብር ንሱ እዩ።

ስምዓት ም፡ ደ፸፬	ስምዓት ም፡ 124
፲፭ ይቤ ጎርጎርዮስ ነባቤ መለኮት በመልእክቱ ኀበ አቅላንድዮስ እስመ ክርስቶስ ሐማሚ ውእቱ በሥጋ ወኢሐማሚ በመለኮት ለሊሁ ይትገመር በሥጋ ወኢይትገመር በመንፈስ ወውእቱሰ ክመ ሰማያዊ ወውእቱ ምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ይትሌበው ወኢይትሌበው ወባሕቱ እንዘ ውእቱ ፍጹም ብእሲ ውእቱ እግዚአብሔር ወውእቱ ሐደሰ ፍጥረቶ ለብእሲ ዳግመ ዝንቱ ዘወድቀ በኃጢአት።	15. ሓድነትን ሠለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ ናብ ኣቅላንድዮስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ ከምዚ በለ፥ 'ክርስቶስ ብሥጋ ዝሓምም ብመለኮቱ ግና ዘይሓምም እዩ፡ ብሥጋ ይውሰን ብመለኮት ግና ኣይውሰንን እዩ፡ ንሱስ ኮሉ ጊዜ ሰማያዊ እዩ ምድራዊ ውን እዩ፡ ይረአ እዩ ኣይረአን ውን እዩ፡ ይምርመር እዩ ኣይምርመርን ውን እዩ። ግና ፍጹም ሰብ ክኸውን ከሎ ፍጹም ኣምላኽ ከኣ እዩ። ንባህርይ ናይቲ ብኃጢኣት ወዲቑ ዝነበረ ሰብ ከም ብሓድሽ ሓደሶ።'
፲፮ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ መምህር ቅዱስ ቄርሎስ ወርእሰ ኤጲስ ቆጶሳት ዐምደ ሃይማኖት በድርሳኑ እንዘ ያወሥኦ ለአቡሊናርዮስ ዓላዊ እስመ ቃለ እግዚአብሔርሰ ሕያው ውእቱ ኢይትዌለጥ ወኢይትመየጥ እምህላዌሁ እስመ አምላክ ውእቱ ወቦቱ አካል ፍጹም ከመ አቡሁ ወኢፈጠረ ሎቱ ሥጋ ዘኮነ ፩ደ ምስሌሁ እምህላዌ መለኮቱ አላ ነሥአ እምኔነ እሙነ ወኢኮነ ልደቱ እምዘርአ ብእሲ በአስተሐውዞ እንጌ እመሕያው አላ ዳእሙ ተወልደ እምድንግል ቅድስት በመንክር ግብር ዘኢይትነገር ወይትሌዐል እምልቡና ወፍሉጥ እምሕገ እንጌ እመሕያው ።	16. ከምኡ ኾአ እዚ ዓምዲ ሃይማኖት መምህር ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቄርሎስ ንክሓዲ ኣቡሊናርዮስ ክኸራኸሮ ከሎ ኣብ ዝተዛረቦ ድርሳኑ ከምዚ በለ፥ 'እግዚኣብሔር ቃል ሕማም ኮነ ሞት ዘይብሉ ሕያው እዩ። ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ እሞ ካብ ባህሪኡ ኣይልወጥን ኣይፋለስን እዩ። ከም ኣቦኡ ፍጹም ኣካል ኣለዎ። ነቲ ምስኡ ሓደ ዝኾነ ሥጋ ውን ንክዋሓዶ ብሓቂ ካብ ባህርይና ደኣ ወሰደ እምበር ካብ ባህርየ መለኮቱ ኣይፈጠረን። ካብ ሰብ ዝተወልደ ውን ቡቲ ሰብ ተሓጉሱ ዝሠርሐ ሥራሕ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ቡቲ ዘይምርመርን ልዕሊ ልብናን ከምኡ ውን ካብ ልማድ ባህርይ ሰብ ፍሉይ ድንቂ ዝኾነ ሥራሕ ካብ ቅድስት ድንግል ተወልደ።'
፲፯ ወካዕበ ይቤ እንዘ ያወሥኦ ለአቡሊናርዮስ ረሲዕ ረሰዮ ለሥጋ ይልሐቅ በበሕቅ በክመ ሥርዓተ ሰብእ በዘይደሉ ለሥጋ ክመ ኢይረስይዎ ለአማኑኤል አምላክነ ውፁአ እምልማደ ሰብእ በካልእ ምግባር ወተመሰለነ በኵሉ ግብር ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወዓዲ ይቤ በእንቲአሁ ኢርሕቀ መለኮት ወኢተፈልጠ እምእሉ ፪ቱ ህላዌያት በክመ ሥርዓት እንተ ዘሥጋዌ መፍቅድ ወካዕበ ይቤ በእንተ ተሠግዎቱ ለመድኅን ክመ ፍጡር ውእቱ ።	17. ከምኡ ድማ ነቲ ከሓዲ ኣቡሊናርዮስ ክኸራኸሮ ከሎ፥ 'ክምቲ ሥርዓት ሰብ ቡቲ ብሥጋ ዝግባእ መጠን ንሥጋ ቡብንእሽቶ ከምዝዓቢይ ገበሮ። እዚ ድማ ንፈጣሪና ኣማኑኤል 'ምትሓት ጎድረት' እናበሉ ካብ ሥርዓት ሰብ ዝወጸ ንኽይንብርዎ እዩ። ብዘይ በይና ኃጢኣት ብኽኑ ሥራሕ መሰለና'በለ። ደጊሙ ውን ብዛዕባኡ 'ዝተፈትወ ሥርዓተ ሥጋዌ ብምኽኑ መለኮት ካብዞም ክልተ ባህርያት ማለት ካብ ነፍሱን ሥጋኡን ኣይተፈለየን ኣይረሓቐን'በለ። ከምኡ ኾአ ብዛዕባ መድኅን ሰብ ምኽኑ ክዛረብ ከሎ፥ ሰብ ከምዝኾነ ተዛረበ ።
፲፰ ወካዕበ ይቤ ቅዱስ ቄርሎስ እንዘ ይትዋሥኦ ለታኦድሮጦስ ነአምን ከመዝ ከመ ውእቱ አምላክ ህላዌያዊ ወሎቱ ዕዘዘ ኮሉ ፍጥረት በባሕርይሁ ወለሊሁ ነሥአ አርአያ ንብር ወተለዐለ መልዕልተ ኮሉ ፍጥረት ወኮነ ፩ደ ምስለ ፍጡራን ሶበ ኮነ ብእሴ ፍጹመ ወካዕበ ይቤ ሶበሰ ኢተዋሐደ ምንትኑ ውእቱ አርአያ ንብር ምስለ እግዚእ ወምንትኑ ዘእንለ እመሕያውሂ ምስለ መለኮት አው በግዕሂ ምስለ ሊቀ ካህናት አው ፈጣሪ ምስለ ፍጡር ወካዕበ ይቤ ንሕነሰ ንረክቦ	18. ደጊሙ ውን ቅዱስ ቄርሎስ ንታኦድሮጦስ ክኸራኸሮ ከሎ፥ 'ንሱ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ከምዝኾነ፡ ብባህሪኡ ንኹሉ ፍጥረት ፈጢርካ ምግዛእ ገንዘቡ ከምዝኾነ፡ ዋላ ውን ናይ ግዙእ ኣዳም ባህርይ እንተ ወሰደ ምስ ሰብ ሓደ ከምዝኾነ፡ ከምዚ ኢልና ንኣምን' በለ። ደጊሙ ድማ 'እንተዘይተዋሐዱ ኸኣ እሞ፥ ባርያ ምስ ጉይታ፡ ባህርየ ሰብ ምስ መለኮት፡ ዝሥዋዕ በጊዕ ምስ ሠዋዒ ሊቀ ካህናት፡ ወይ ድማ ፈጣሪ ምስ ፍጡር እንታይ ሓድነት ኣለዎም፧ ንሕና ነዚ ሓደ ወልድ፥ ኣምላኽ ሰብ፡ ጉይታ ባርያ፡ ዝሥዋዕ በጊዕ ሠዋዒ ሊቀ ካህናት፡ ፍጡር ፈጣሪ

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
ለዘንቱ ወልድ ዋሕድ አምላክ ወውእቱ ሰብእ ለሊሁ እግዚእ ወለሊሁ ንብር ለሊሁ በግዕ ወለሊሁ ሊቀ ካህናት ወውእቱሰ ፍጡር ወፈጣሪ ውእቱ ኢይዴመር ወኢይቶሳሕ ዘሀለወ ቦቱ አማኑኤል አምላክነ አላ ባሕቲቱ ነአምሮ ገሀደ ፩ደ ወውእቱ ክመ እምፍና መለኮት ወትሰብእት ።	ኮይኑ ንረኽቦ። ፈጣሪና፡ 'አማኑኤል' ዝተባህለሉ ምሥጢር በይኑ ንሱ ሓደ ከምዝኾነ ብግልጺ ንፈልጦ እምበር ኣይተሓዋወሰን ኣይደባለቕን እዩ። ንሱ ብተዋሕዶ መለኮትን ትሰብእቱን ኮሉ ጊዜ ሓደ እዩ።
፲፱ ወካዕበ ይቤ ተሰምየ ንብረ ወውእቱ እግዚእ ኮሉ ከመ አምላክ ለሊሁ በግዕ ወለሊሁ ካህን ዓዲ ኅቡረ እስመ ውእቱ ሦዐ ርእሶ ባሕቲቱ በከመ ንቤ ቅድመ አዕረገ ሥጋሁ ባሕቲቱ በፈቃዱ መሥዋዕተ ውኩፈ ወዕጣነ ምዑዘ ለእግዚአብሔር አቡሁ በእንቲአነ ለሊሁ ፍጡር ወለሊሁ ፈጣሪ ንብሎ ፈጣሪ በእንተ ከመ ውእቱ አምላክ ወእግዚአብሔር ውእቱ ወዓዲመ ንብሎ ፍጡረ እስመ ውእቱ ተወልደ በሥጋ እምብእሲት ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ዓምደ ሃይማኖት በእንቲአሁ ትብልኑ እስመ ዘተፀንሰ ካልእ ውእቱ ዘምስለ ፈጣሪ በከመ በውስተ መለኮት ወትሰብእት ወፈጣሪ ወፍጡር ፍልጣን ሐሰ ለነ እምዝንቱ ንባብ ሙሱን ወርኩሰ።	19. ከምኡ ውን 'ኣገልገለ' ተባህለ። ግናኸ ንሱ ኣምላኽ ብምኾኑ ንኾሉ ፈጢሩ ዝገዝእ እዩ። ንሱ መሥዋዕቲ እዩ፡ ከምኡ ድማ ካብቲ መሥዋዕቲ ዘይፍለ ካህን እዩ። ምኽንያቱ ከምቲ 'ንሱ ጥራይ ንሥጋኡ ብፍቓዱ ፍቱው መሥዋዕትን ምዑዝ ዕጣንን ጌሩ ስሌና ናብ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ኣቕረበ' ብምባል ኣቐዲምና ዝተዛረብናዮ፡ ንሱ ባዕሉ ጥራይ ንገዛእ ርእሱ ሠውዐ። ንሱ ሰብ እዩ፡ ኣምላኽ ውን እዩ። ኣምላኽ እግዚኣብሔር ስለዝኾነ 'ፈጣሪ' ንብሎ፣ ከምኡ ድማ ካብ ድንግል ብሥጋ ስለዝተወልደ 'ሰብ' ንብሎ። ደጊሙ ውን እዚ ዓምደ ሃይማኖት ቅዱስ ቄርሎስ፡ 'ብዛዕባኡ ክትዛረቡ ከለኹም፡ ኣብ መንጎ መለኮትን ትሰብእትን፡ ፈጣርና ፍጡርን ምክፍፋል ከምዘሎ ገርኩም፣ እቲ ዝተፀንሰ ምስ ፈጣሪ ዘሎ ካልእ እዩ ትብሉ ኣለኹም። ግና ካልእ ኣይኮነን፣ ንሕና ኑቲ ከምዚ ዝበለ ጽሉእን ንቑፍን ዘረባ ክንዛረብ ኣይግባኣና እዩ' በለ።
፳ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ቅዱስ ቄርሎስ እምቃለ ጎርጎርዮስ ቴዎንሎስ ወውእቱሰ ሐመ በሥጋ ወኢሐመ በመለኮት ይትገመር በሥጋ ወኢትገመር በመንፈስ ወውእቱ ክመ ሰማያዊ ወውእቱ ምድራዊ ያስተርኢ ወኢያስተርኢ ይፀወር ውእቱ ወውእቱ ኢይፀወር ወባሕቱ እንዘ ኮለንታሁ ብእሲ ፍጹም ወለሊሁ እግዚአብሔር ውእቱ ይፈጥር ብእሴ ፍጹመ ምዕረ ዳግመ ዘወድቀ በኃጢአት ወአግብአ ውስተ ርስቱ ዘቀዳሚ ወካዕበ ይቤ በዝንቱ ክፍል እመቦ ዘይቤ ከመ ለሊሁ ፈጠረ ሰብአ ወእምዝ ቦአ ውስቴቱ እግዚአብሔር እስመ ዝንቱሰ ኢኮነ ተወላዴ እምእግዚአብሔር ዳእሙ ጕያዩ እምልደት ።	20. ደጊሙ ድማ እዚ ቅዱስ ቄርሎስ ካብ ቃል እቲ ሓድነትን ሰለስትነትን ዝተናገረ ጎርጎርዮስ ጠቂሱ ክዛረብ ከሎ ከምዚ በለ፡ "ንሱ ብሥጋ ሓመመ ብመለኮት ግና ኣይሓመመን፣ ብሥጋ ይውሰን እዩ ብመለኮት ግና ኣይውሰንን ንሱ ኮሉ ጊዜ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ እዩ፣ ይርአ እዩ፡ ኣይረአን ድማ እዩ፣ይከኣል እዩ ኣይከኣልን ውን እዩ። ግናኸ ኮለንትናኡ ፍጹም ሰብ እንከሎ፡ ንሱ ርእሱ ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ኑቲ ኣብ ኃጢኣት ወዲቑ ዝነበረ ኣዳም ብፍጹም ሰብነት ከም ብሓድሽ ሓዲኡ ናብቲ ቀዳማይ ርስቱ መለሶ።" ከምኡ ውን ኣብዚ ዓንቀጽዚ፡ 'ሰብ ፈጠረ ብድኅርዚ ኣብኡ እግዚኣብሔር ኃደረ' ዝብል እንተሎ፡ እዚ ሰብዚ ካብ ውልደነት ዝተፈልየ ደኣ እዩ እምበር ካብ እግዚኣብሔር ዝተወልደ ኣይኮነን ።
፳፩ ወካዕበ ይቤ ቅዱስ ቄርሎስ እመሰ ኮነ ንብል እስመ ሥጋ ዕሩይ ምስለ ቃል እምቀዲሙ ይደሉኬ ከመ ይትበህል እሙነ ከመ ይትለዐል ኀበ ዘይትሌዐል ህላዌሁ ወኢተርፈ እንከ ወውእቱሰ ህልው ሥጋ ባሕቲቱ ወሶበሂ ንቤ ከመ ውእቱ ተርፈ ወውእቱ ቃል ባሕቲቱ ወኢኮነ ምግባረ ሕሱመ ወካዕበ ይቤ ኢኀደጎ ለሥጋ	21. ከምኡ ውን ቅዱስ ቄርሎስ፡ " 'ሥጋ ምስ ቃል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝነበረ እዩ' ንብል እንተኾንና፡ ባህሪኡ ናብ ልዕል ልዕል ዝብለሉ ኩነታት ንክበጽሕ እዩ ተባሂሉ ብሓቂ ክንገር ይግባእ። እምበኣር ኣይተረፈን፡ ግናኸ ንሱ ሥጋ ጥራይ እዩ ዘሎ፣ 'ተረፋ' እንተበልና ድማ ቃል ጥራይ ምኾኑ እዩ፣ እዚ ዘንቅፈና ኣይኮነን" በለ። ደጊሙ ኸኣ ከምዚ በለ፡ ከም ፍጡር

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
እምኔሁ ከመ ይኩን ህልወ ወፍጡረ ዘያስተርኢ ወይትገሥሥ ወገዚፈ ወሶበሂ ኮነ ሥጋ ለእግዚ አብሔር ኢተፈልጠ እምኔሁ ቃል ከመ ይኩን ዘኢተፈጥረ ወዘኢያስተርኢ ወዘኢይትገሥሥ ።	ዝርአ ዝድኅሥሥ ግዙፍ ምእንቲ ክኸውን ንሥጋ ካባኡ ኣይፈለዮን። ሥጋ ውን ገንዘብ እግዚአብሔር ምስ ኮነ፡ ዘይተፈጥረ ዘይረአ ዘይድኅሥሥ ምእንቲ ክኸውን ቃል ካብ ሥጋ ኣይተፈልየን።
፳፪ ወካዕበ ይቤ ፩ዱ ውእቱ ክርስቶስ እም፪ቱ ህላዌያት ኮነ ፩ደ ህላዌ ወ፩ደ አካለ ወ፩ደ ገጸ እግዚአብሔር ቃል ዘኮነ ሥጋ ወካዕበ ይቤ ፩ዱ ውእቱ ዘተሠገወ ወበእንተ ዝንቱ ይገብር ምግባራተ ዘይደሉ ለመለኮት ወትሰብእት ከመ ይትወሐድ በዝንቱ ወይኩን ፩ደ ኅቡረ ፈጣሪ ምስለ ፍጡር ዘኢይትገሥሥ ምስለ ዘይትገሥሥ ወዘኢያስተርኢ ምስለ ዘያስተርኢ ወዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ ወለነኒ ይትዔረየነ በትሰብእቱ ወዝውእቱ ፩ዱ ብእሲ።	22. ከምኡ ድማ ‘ክርስቶስ ሓደ እዩ፡ ሰብ ዝኾነ እግዚአብሔር ቃል ካብ ክልተ ባህርያትን ካብ ክልተ ኣካላትን ሓደ ባህርይ፡ ሓደ ኣካል፡ ሓደ ገጽ ኮነ’ በለ። ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፡ ‘ሰብ ዝኾነ ሓደ እዩ፡ ፈጣሪ ምስ ፍጡር፡ እቲ ዝድኅሥሥ ምስቲ ዘይድኅሥሥ፡ እቲ ዘይረአ ምስ ዝረአ ብተዋሓደ ሓደ ስለዝኾነ በዚ ሓደ ምኽኑ ምእንቲ ክፍለጥ እዩ። ስለዚ ድማ ንመለኮትን ትሰብእትን ዝግባእ ይሠርሕ። ብመለኮቱ ምስ **አብ** ሓደ እዩ፣ ንኣና ውን ሰብ ብምኽኑ ይመስለና፣ እቲ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ሓደ እዚ እዩ።
፳፫ ወካዕበ ይቤ እመኒ ወልድ ዘአልቦቱ ጥንት ወህላዌ ልዑላዊ ውእቱ በልዕልና መለኮት ኮነ ትሑተ በደኃሪ መዋዕል በእንቲኣነ ወሶበ ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ኃጢኣት ባሕቲታ ወዘእንበለ ውላጤ ህልው ዓዲ በአምላክናሆ ወኢይትዌለጥ ወበዝንቱ አርአያ ኮነ ከመ ሰብእ ወውእቱ ኢፍጡር በህላዌ መለኮቱ ወዳእሙ ተሰምየ ወልደ ሰብእ ወኮነ ገብረ በእንቲኣነ ከመ ይባልሐነ እምአርዑተ ቅኔ መሪር ዘውእቱ አግዓዚ በህላዌ መለኮቱ።	23. ደጊሙ ውን ‘ዋላ ውን ወልድ ጥንቲ ዘይብሉ፡ ብኽብሪ መለኮት ልዑል ባህርይ እንተኾነ ኣብ ዳኅራይ ዘመን ምእንታና ሰብ ኮነ። ብዘይምልዋጥ ብዘይዘርአ ብእሲ ሰብ እንተኾነ’ውን ብኣምላኽነቱ ዘሎ እዩ፡ ኣይልወጥን እዩ። በዚ ብባህርየ ሥጋ ውን ሰብ መሰለ። ብባህርየ መለኮቱ ፍጡር ኣይኮነን። እንተኾነ ግና እቲ ብባህርየ መለኮቱ ዘይግዛእ ንሱ ካብቲ መሪር ኣርዑት ኃጢኣት ንክድኅነና ምእንታና ሰብ ኮይኑ ወዲ ሰብ ተባህለ ።
፳፬ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ብፁዕ ቁርሎስ መምህረ ሃይማኖት እመሰ ይቤ ክርስቶስ አቡየ የዐቢ እምኔየ ወዝንቱሰ ቃል ይደሉ ለትሰብእቱ ወካዕበ ይቤ ዘኢተፈጥረ ወዘአልቦቱ ሥጋ እምቅድመ ዓለም ኮነ ሎቱ ሥጋ በደኃሪ መዋዕል፤ ወከመዝ ተሰምየ ፍጡረ በዝንቱ አርአያ በከዊኖቱ ሰብአ ፍጹመ ወእንበይነ ዝንቱ እሙነ ይሰምዮ ለአቡሁ ዘየዐቢ እምኔሁ ዝንቱ ዘተብህለ በእንቲአሁ ውእቱ ሕቀ ተትሕተ እመላእክት በእንተ ሕማመ ሞቱ ወእመኒ ኮነ ይቤ ዘንተ ቃለ እንዘ ለሊሁ እግዚአ መላእክት ወፈጣሪሆሙ በእንተ መቅደሱ አልቦ ምንትኒ ሱታፌ በውስተ ፍጡራን ለመቅደሱ ከመዝ ቅድመ እግዚአብሔር ዘጎደረ ውስቴቱ።	24. ከምኡ ኸኣ እዚ መምህረ ሃይማኖት ቅዱስ ቁርሎስ፡ ‘ክርስቶስ፡ ኣቦይ ካባይ ይዓቢይ እዩ እንተበለ፣ እዚ ቃል እዚ ነቲ ሰብ ምኽኑ ዘመልክት እዩ’ በለ። እቲ ዘይተፈጥረ፡ ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ሥጋ ዘይነበሮ ንሱ ብደኃረዋይ ዘመን እቲ ሥጋ ባህሪኡ ኮነ። ፍጹም ሰብ ብምኽኑ ውን በዚ መልክዕዚ ‘ሰብ’ ተባህለ። ስለዚ ድማ ብሓቂ ንኣቦኡ ካብኡ ከም ዝዓቢይ ገሩ ተዛረበ። ስለቲ ሕማሙን ሞቱን ‘ካብ መላእኽቱ ቅሩብ ነኣሰ’ ተባሂሉ ዝተነግረሉ ንሱ እዩ። ንሱ ንኣቦኡ ‘ብሓቂ ካባይ ይዓቢይ’ ይብሎ። ንሱ ንመላእኽቲ ፈጢሩ ዝገዝእ ክኸውን ከሎ፡ ቦቲ ዝተወሓዶ ሥጋ እኳ እዚ ቃልዚ እንተተነግረ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝተዋሓዶ እግዚአብሔር ከምዚ ዝበለ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝተዋሓዶ ሥጋ ዝመዓራረ ካብ ፍጡራን የልቦን።
፳፭ ወካዕበ ይቤ በመጽሐፈ ቢሶርስ ዘውእቱ ከሣቴ ኅቡዕ ብሂል ውእቱሰ ብየ ይትፈሣሕ ምስሌየ ወአነሂ ኮንኩ እትሐሠይ ምስሌሁ ወለሊሁ	25. ዳግማይ ውን ኣብ ‘ቢሶርስ - ማለት ነቲ ሥዉር ዝገልጽ’ ዝተባህለ መጽሓፍ ከምዚ በለ፡ ንሱ ብኣይ ይሕጐሰ፡ ኣነ ድማ ብእኡ እሕጐሰ። ንሱ ውን ቅድሚ

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
ወለደኒ እምቅድመ ኵሎሙ ፍጡራን ወከመዝ ዓዲ አመ ለብሰ አርአያ ሰብእ በእንተ መድኃኒተ ኮልነ ይብል እሙነ ከመ ሰብእ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ወካዕበ ይቤ ኢፈጠረ ሥጋ ዘኮነ ምስሌሁ እምህላዌሁ ባሕቲቱ አላ ነሥአ እምኔነ አኮ ውእቱ ልደቱ እምዘርአ ብእሲ አላ ዳእሙ ተወልደ እምድንግል ቅድስት ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ እንዘ ኢያርኁ ማኅተመ ድንግልናሃ።	ኵሎም ፍጡራት ወለደኒ፣ ከምኡ ውን ንኡና ንኵኍላትና ከድኀን ባህርየ ሰብ ምስ ተዋሓደ፥ ብሓቂ ሰብ ብምኁኑ 'እግዚአብሔር ፈጠረኒ' ይብል። ደጊሙ ኸኣ ከምዚ በለ፥ 'ነቲ ምስኡ ዝተዋሓደ ሥጋ ካብ ባህርይና ደኣ ወሰደ እምበር ካብቲ ባህሪኡ ጥራይ ፈጢሩ ኣይተዋሓደን። ልደቱ ውን ማኅተመ ድንግልናኣ ከይለወጠ ብዘይ ዘርኢ ብእሲ ካብ ንጽሕት ድንግል ተወልደ እምበር ብዘርኢ ብእሲ ኣይኮነን።
፸፮ ወካዕበ በውስተ ዝንቱ ፩ዱ መጽሐፍ ዘሰመዮ መዝገብ ተርጕመ ለነ ሀልዎቶ ባሕቲቱ በውስተ ገጸ መካናት ብዙኃት እንዘ ይብል እስመ እግዚአብሔር ቃል ኮነ ሰብአ ዘእንበለ ውላጤ ወለለሊሁ ፈጠረ ሥጋሁ ለርእሱ ወዝንቱ ቃል ያግህድ ለነ ተዋሕዶ አካል ወካዕበ ይቤ እመሰ ተአምኑ ከመ ክርስቶስ ኮነ ሰብአ እሙነ እፎኑ ኢይደልዎ ከመ ይበል ዘይደልዎ ለሰብእ ወይደልዎ ከመ ይበል ቀዳሚሁሰ ኢኮንኩ ሰብአ ዝንቱ ዘይደልዎ ለህላዌ መለኮት ወይዕቀብ ዓዲ ዘይደሉ ለህላዌሁ ዘፈጠረ እስመ ሰብእሰ ፍጡር ውእቱ ወእንበይነ ዝንቱ ይብል እግዚአብሔር ፈጠረኒ በእንተ ውእቱ ዘኮነ ሰብአ ወባሕቱ እስመ ሀልዎሰ በኵሉ ጊዜ ዘኢየኀልቅ ከመ ይኩን ለእግዚአብሔር ባሕቲቱ ።	26. ዳግማይ ድማ በዚ 'መዝገብ' ዝሰመዮ ሓደ መጽሓፉ፥ 'እግዚአብሔር ቃል ከይተለወጠ ሰብ ኮነ፣ ንሥጋ ውን ንኽዋሓዶ ፈጠረ' ብምባል ኣብ ብዙኅ ዓንቀጽ ነቲ ቅድምናኡ ኣረድኡ። እዚ ቃልዚ ነቲ ናይ ኣካል ተዋሕዶ የረድኣ። ከምኡ ውን ክርስቶስ ብሓቂ ሰብ ከም ዝኾነ እንተ ደኣ ኣሚንኩም፥ ከመይ ነቲ ንሰብ ዝግባእ ክዛረብ ኣይግብእን፧ 'ቀደምሲ ሰብ ኣይነበርኩን ክብል ይግብኡ። እዚ ኸኣ ነቲ ባህርየ መለኮቱ ጥራይ እዩ ዝግብኡ። ከምኡ ውን ነቲ ዝፈጠሮ ባህርየ ሥጋ ዝግባእ ክሕሉ ይግብኡ እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ፍጡር እዩ። በዚ ኸኣ ንሱ ሰብ ስለዝኾነ 'እግዚአብሔር ፈጠረኒ' ይብል፣ እንተኾነ ግና ብኾሉ ጊዜ ምንባር ዘይውዳእ እዩ እሞ እዚ ንእግዚአብሔር ጥራይ ክኸውን ይግባእ' በለ ።
፸፯ ወዓዲ ይቤ እስመ እግዚአብሔር ኮነ ሰብአ ከመ ይፈጽም ምግባሩተ ወይኩን ቅድመ በውስተ ፍናዋት ወከመዝ ዓዲ ንሕነኒ ንብል በእንቲአሁ ባሕቲቱ እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ መቅድመ ተግባሩ እስመ ቃለ እግዚአብሔርሰ ኢተፈጥረ አላ ዳእሙ ውእቱሰ ቀዳማዊ ውእቱ በኵሉ ጊዜ ወህልው ፈጠረ ሎቱ ሥጋ በእንተ ምክንያት ቀዳሚት ዘተወጥነት ወካዕበ ይቤ ቃለ እግዚአብሔር ኮነ ሥጋ ዘተፈጥረ ዘውእቱ ፈጠረ ሰብአ በእንተ ብእሲ ከመ ያድኅኖ እመርገም ዘኀደረት ላዕሌሁ ።	27. ከምኡ ውን 'ሥራሕ ሰብነት ንኽሠርሕን መምህር ትሩፋት ንክኸውንን እግዚአብሔር ሰብ ኮነ' በለ። ከምኡ ድማ ንሕና ብዛዕባቲ ሰብ ዝኾነ ጥራይ፡ 'እግዚአብሔር ሰብ ገሩ ፈጠረኒ' ብምባል ንዛረብ። እግዚአብሔር ቃል ብኾሉ ጊዜ ዝነበረ ዝኾነ ቀዳማዊ ደኃራዊ እዩ እምበር ፍጡር ስለዘይኮነ ነታ ቅድም ተዋሂባ ዝነበረት ውልድነት ንምምጻእ ሥጋ ፈጢሩ ተዋሓደ' ንብል። ከምኡ ውን ካብቲ ንኣዳም ጸኒዕዎ ዝነበረ ፍዳ ንከድኅኖ እግዚአብሔር ቃል ፍጡር ሥጋ ኾነ። ንሱ ድማ እቲ ሰብ ዝፈጠረ እዩ' በለ ።
፸፰ ወካዕበ ይቤ በመልእክቱ እንተ ፈነዋ ኀበ ሶክሲስ ወኢፈጠረ ዘንተ ሥጋ ቅዱስ እምህላዌ መለኮቱ አላ ነሥአ እምድንግል ወእመ አኮ እፎኑ እምኮነ ሰብአ ዘእንበለ ዳእሙ ሶበ ለብሰ ሥጋ ሰብእ ወካዕበ ይቤ በመጽሐፈ ቢሶርስ ሞተ ክርስቶስ በእንቲአነ ከመ ይቤዘወነ ወሶበ ሞተ ወልድ ይትበሀል በእንቲአሁ ውእቱሰ ተወክፈ	28. ደጊሙ ኸኣ ናብ ሶክሲስ ኣብ ዝለኣኾ መልእኽቱ፥ 'እቲ ናይ ባህርይ ኣምላኽ ነዚ ሥጋዚ ካብ ድንግል ወሰዶ ደኣ እምበር ካብ ባህርየ መለኮቱ ፈጢሩ ኣይተዋሓደን። ባህርየ ሰብ እንተዘይውሓድ ደኣ ከመይ ኢሉ ሰብ ምኾነ ነይሩ፧' በለ። ከምኡ ውን ኣብቲ 'ቢሶርስ' ዝበሃል መጽሓፍ፥ ' ክርስቶስ ንክድኅነና ምእንታና ሞተ፣ ወልድ ምስ ሞተ ንሞት ገንዘቡ ገበሮ ተባሂሉ ብዛዕብኡ ይንገር። ንሱ

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
ዘንተ ወውእቱሰ ኢይመውት በህላዌ መለኮቱ ወከመዝ እንከ ሶበ ፈጠረ ሥጋሁ በእንቲአሁ ውእቱ ከመ ፍጡር እሰመ ሥጋ ዘተፈጥረ ረሰየ ሎቱ ወህላዌ መለኮቱሰ ኢፍጡር ውእቱ ።	ግና ብባህርየ መለኮቱ ዘይመውት እየ። ከምዚ ጌሩ ሥጋ ፈጢሩ ስለዝተዋሓደ ንሱ ሰብ ኮነ ይበሃል። ምኽንያት ነቲ ፍጡር ሥጋ ንርእሱ ገንዘብ ስለዝገበረ እየ፣ እቲ ባህርየ መለኮቱ ግና ፍጡር ኣይኮነን ።
፳፱ ወካዕበ ይቤ ንብል በእንተ ዝንቱ ዋሕድ ቃል ፩ዱ ጎቡረ ከመ ለሊሁ ፍጡር ወመዋቲ በሥጋ ኢፍጡር ወኢመዋቲ በመለኮት ወባሕቱ እሰመ ሞትሰ ወተፈጥሮ ለሥጋ ውእቱ ወህላዌ መለኮትሰ ነኪር ውእቱ እምእሉ ወባሕቱ በእንተ ዘተዋሐደ ምስለ ሥጋ ንብል በእንቲአሁ ፍጡር ውእቱ ወመዋቲ ኢፍጡር እንከ ወኢመዋቲ በህላዌ መለኮት ወካዕበ ይቤ እመሰ ተወልደ ወተፈጥረ ንሬሲ እሎንተ ፪ቱ ለዘይደሉ ቦሙ ተወልደ ቃል እምአብ እምቅድመ ኵሉ ዓለም በከመ ንቤ ንሕነ ወዘፈጠረ ሰብአ ኮነ ሥጋ በእንቲአነ በከመ ይቤ ወንጌላዊ ብፁዕ ።	29. ከምኡ ድማ ብዛዕባቲ ቀዳምን ሰዓብን ዘይብሉ ብተዋሕዶ ሓደ ዝኾነ ቃል፣ ንሱ ብሥጋ ፍጡርን መዋትን እየ፣ ብመለኮት ግና ፍጡርን መዋትን ኣይኮነን ንብል። ምፍጣርን ሞትን ንሥጋ እየ፣ መለኮት ግና ካብ ምፍጣርን ሙማትን ርሑቕ እየ። እንተኾነ ግና ሥጋ ስለዝተዋሓደ ፍጡርን መዋትን እዩ ንብል። ብባህርየ መለኮቱ ግና ዘይተፈጥረን ዘይመውትን እዩ ንብል። ካብ ተወልደን ሰብ ካብ ኮነን ነዞም ክልቲኦም ንዝግብኦም ክንህብ ኢና፣ ከምቲ ንሕና ዝበልናዮ ዓለም ከይተፈጥረ ኣካላዊ ቃል ካብ **አብ** ተወልደ፣ ከምቲ ወንጌላዊ ቅዱስ ዮሓንስ ዝበሎ ድማ እቲ ሰብ ዝፈጠረ ንሱ ምእንታና ሰብ ኮነ” በለ ።
፴ ወካዕበ ይቤ በእንተ ዝንቱ መፍትው እንከ ይልበሶ ቃለ እግዚአብሔር ፍጹም ለብእሲ ፍጹም ወበእንተ ዝንቱ ንብል ለሊሁ ተፈጥረ ለተግባሩ ከመ ይረስዮሙ ፍጹማነ ወዓዲ ይቤ በዝንቱ ቃል ዘተብህለ አንሰ ተፈጠርኩ ኢያጤይቅ በእንተ ባሕርየ ቃል አላ ዳእሙ ያሌቡ ፈድፋደ እንበይነ ምጽአቱ ኀቤነ ወለቢሶቱ ሥጋ ፍጡረ ከማነ ዝንቱ ዘተብህለ በእንቲአሁ ተፈጥረ ውእቱ ወካዕበ ይቤ በእንተ ዘኮነ ሰብአ ደለዎ እሙነ ይበል እሰመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ቅድመ ለፍኖተ ተግባሩ ።	30. ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፣ “ ‘ስለዚ እቲ ፍጹም እግዚኣብሔር ቃል ነቲ ፍጹም ሥጋ ክዋሓድ ይግባእ። በዚ ድማ ነዮም ፍጡራን ፍጹማን ንኽንብሮም ሰብ ኮነ’ ንብል። ከምኡ ኸኣ እቲ ‘ኣነ ተፈጠርኩ’ ዝተባህለ ዋቕሲ፣ ከማና ከም ፍጡር ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ከምዝኾነ ዘረድኣ ደኣ እምበር ብዛዕባ ባህርየ ቃል ኣይመልክትን እዩ፣ እቲ ብዛዕባኡ ‘ተፈጥረ’ ተባሂሉ ዝተነግረ እዚ እዩ” በለ። ከምኡ ውን ሰብ ብምኻኑ ‘ፍጡራቱ ዝድኅንሉ እግዚኣብሔር ፈጠረኒ’ ንክብል ተገብኦ ።
፴፩ ወዓዲ ይቤ በውስተ ካልእ ክፍል እመጽሐፍ ቀዳማዊ እንተ ዘቢሶርስ ወአኮ ዘይፈክር ለነ ሐዋርያ ህላዌ ቃል እስከ ይብል ዘንተ ቃለ ከመዝ አላ ሥጋሁ ውእቱ ማዕዜኑ ኮነ ሊቀ ካህናተ እምነትነ ወኮነ ሐዋርያ ወማእዜኑ ኮነ ምእመነ በኀበ ዘገብሮ ዘእንበለ ዳእሙ እምጊዜ ኮነ ባቲ ሰብአ በእንቲአነ ወኮነ ቃል ሥጋ በሥርዓት አሚሃ ኮነ ምእመነ በኀበ ዘገብሮ ከመ ብእሲ ዘይፈጽም ግብሮ በከመ ይቤ ለሊሁ አሚሃ ኮነ ሐዋርያ ሶበ ተፈነወ በእንቲአነ ከመ ይቤዝወነ አሚሃ ኮነ ሊቀ ካህናተ እምነትነ እንዘ ይስእሎ ለአቡሁ እምነተ ሃይማኖትነ ወያዓርግ ሥጋሁ በፈቃዱ ባሕቲቱ ከመ ዕፍረት ምዑዝ ዘለልቦቱ ደነሰ ከመ ያንጽሐነ ለኮልነ። ዮሐ ፱፥፬፤ ፲፯፥፬-፲፯ ።	31. ከምኡ ድማ ካብ ‘ቢሶርስ’ ዝተባህለ ቀዳማይ መጽሓፍ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ከምዚ በለ፣ ‘እቲ ሓዋርያ ሰብ ምኻኑ ንኽመልክት እየ እምበር ነዚ ክሳዕ ከምዚ ምባል በጺሑ ብዛዕባ ባህርየ ቃል ዝዛረብ ኣይኮነን። ቃል ምእንታና ብተዋሕዶ ነፍስን ሥጋን ወሲዱ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ እየ እምበር፣ እቲ እንኣምኖ ሊቀ ካህናትን ሓዋርያን ዝኾነሉ ክሳዕ መዓስ እየ፣ ቡቲ ዝፈጠሮ ምእመን ዝኾነኸ መዓስ እየ፣ ሸዑ ነቲ እተላእኦ ሥራሕ ዝፍጽም ሰብ ብምኻኑ ብኣብ ዝተኣምነ ኮነ፣ ከምቲ ዝተባህለ ንሱ ንክድኅንናን ስሌና ሰብ ምስ ኮነ፣ ሸዑ ሓዋርያ ኮነ፣ ጽንዓት ሃይማኖትና ንኣብ ክልምኖ ከሎ፣ ከምኡ ውን ንኾልና ካብ ኃጢኣት ንክንጽሓና ንገዛእ ርእሱ ብፍቓዱ ኃጢኣት ዘይብሉ ፍትው መሥዋዕቲ ጌሩ ምእንታና ንሥጋኡ ከቕርብ ከሎ ሸዑ እንኣምኖ ሊቀ ካህናት ኮነ ። ዮሓ 9፡4 ፣ 17፡4-17 ።

ስምዓት ም፡ ፻፳፬	ስምዓት ም፡ 124
፴፪ ወካዕበ ይቤ አአምን ወእትአመን ገሀደ በቃል ዘእምእግዚአብሔር አብ ከመ ውእቱ ተሠገወ ወኮነ ሰብአ ወኢንከፍሎ ኀበ ፪ቱ ክፍል ለዘውእቱ ለከሰ እምነ ለባሲሁ አው ለመቅደስ እምዘሀሎ ውስቴቱ ወለአርአያ ገብር እምአርአያ እግዚአብሔር ወለበግዕኒ እምነ ሊቀ ካህናት ወለነሣኢ እምነ ዘነሥአ ወለዘተፈጥረ ውስተ ማኅፀነ ድንግል እምነ ፈጣሪ ወባሕቱ እስመ ብሂልሰ ከመ ለሊሁ ረሰዮ ፩ደ ምስሌሁ እመሰ ትፈቅድ ተሐልዩ በህላዌ ሥናይኬ ሐልዮትከ በእንተ ሥጋ ዘነሥአ እምእግዝእትነ ማርያም።	32. ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፥ “እቲ ካብ እግዚአብሔር ዝተረኽበ ቃል ንሱ ሰብ ከምዝኾነ ብግልጽን ርዱእን ነገር እአምን እየ፡ እተኣማመን ውን እየ። ናብ ክልተ ወገን ኣይንኸፍሎን ኢና፣ ነቲ ዝለበሶ ሥጋ ካብቲ ለባሲ፡ ነቲ ዝተዋሓደ ሥጋ(መቅደስ) ካብቲ ዝተዋሓደ፡ ነቲ ኣርኣያ ገብር ካብቲ ኣርኣያ እግዚአብሔር፡ ነቲ መሥዋዕቲ (በጊዕ) ካብቲ ሠዋዒ (ሊቀ ካህናት)፡ ነቲ ወሳዲ ካብቲ ተወሳዲ፡ ከምኡ ውን ነቲ ኣብ ማኅፀነ ድንግል ዝተፈጥረ ሥጋ ካብቲ ዝፈጠሮ ቃል ኣይንፈልዮን ኢና። ስለቲ ንሱ ምስኡ ሓደ ከምዝገበሮ ምዝራብ ግና፥ ባህርይ ከምዝገበሮ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ፡ ብዛዕባቲ ካብ እምቤትና ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ሥጋ ምምርማርካን ምፍላጥካን ሠናይ እዩ ። ”
፴፫ ወካዕበ ይቤ እለሰ ይብሉ እስመ ቃለ እግዚአብሔር ዘኢተፈጥረ ኮነ ፩ደ ምስለ ሥጋ ዘተፈጥረ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወበእንተ ዝንቱ ተብህለ በእንቲኣሁ ከመ ውእቱ ተፈጥረ አው ተገብረ በእንተ ዘኮነ ሥጋ ዘውእቱ ኮነ ብእሴ ፍጹመ ዘእንበለ ውላጤ ወለሊሁ ዓዲ አምላክ ውእቱ ዘኢይትዌለጥ ወኢይሐሩ እንከ ካልኢ እምፍኖት ርትዕት ።	33. ከምኡ ውን ከምዚ በለ፥ “እቲ ዘይተፈጥረ እግዚአብሔር ቃል ምስቲ እትፈልጥን እትናገርን ነፍሲ ዘለዎ ፍጡር ሥጋ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ። ስለዚ ኸኣ ሥጋ ብምኻኑ ብዛዕባኡ ‘ተፈጠረ’ ተባሂሉ ተነግረ። እዚ ድማ ብዘይ ምልዋጥ ፍጹም ሰብ ኮነ ማለት እዩ። እምበኣር እቶም ‘ንሱስ ንዘለዓለም ዘይልወጥ ኣምላኽ እዩ’ ዝብሉ ካብዛ ቅንዕቲ መገዲ ወጺኦም ናብ ካልእ ኣይኺዱ ። ”
፴፬ ወካዕበ ይቤ እስመ ክርስቶስ ኢተቀብዐ በእንተ መፍቀድ ዘቦቱ አላ ለሊሁ ቀባዒ ውእቱ ወዓርገ ኀበ ሥልጣነ መለኮቱ እንዘ ሰብእ ውእቱ ወለሊሁ እግዚአብሔር አምላክ ተብህለ በእንቲኣሁ ከመ ውእቱ ተለዐለ ፈድፋደ በእንተ ትሕትና ወሕጸጽ እንተ ዘትሰብእት ወንዴት ወለሊሁ ጸገዎ ስመ ዘላዕለ ኵሉ ዝንቱ ዘኮነ በህላዌ ከመ አምላክ ከመ ያልዕለነ ለነሂ ዓዲ ኀበ ሀሎ ዝኩ ።	34. ደጊሙ ድማ፥ ‘ክርስቶስ ንሱ ባዕሉ ዘኽብር እዩ እምበር ክብሪ ስለዝደለ ኣይከበረን ። ዋላ ውን ሰብ እንተኾነ ብባህርይ ክብሩ ከበረ፣ ንሱ ርእሱ እግዚአብሔር ኣምላኽ እዩ፡ እቲ ሥጋ ትሑትን ሕጹጽን ዝተዋረደን ስለዝኾነ ግና ‘ልዕል በለ’ ተባሂሉ ተነግረሉ፣ ‘ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ ስም ውን ንሱ ባዕሉ ሃቦ’ ተባህለ፣ እዚ ድማ ኣምላኽ ብምኻኑ ንኣና ናብቲ ንሱ ዘለዎ ምእንቲ ከቕርበና ቡቲ ናይ ባህርይ ተዋሕዶ ዝኾነ እዩ ” በለ።
፴፭ ወካዕበ ይቤ በመጽሐፈ መዝገብ ቃለ እግዚአብሔር ኮነ ሥጋ ወዘፈጠረ ሥጋ ፈጠረ ሰብአ ከመ ይኩን እግዚአ ለኵሉ አሐዱ ቀዳሚ ለፍኖተ እግዚአብሔር ወተግባሩ እስመ ቀዳሚሁሰ እሳት ውእቱ ወሕይወት ክርስቶስ ዘኢይፀወር ወእምድኅረ ኀዳጥ ይቤ እመሰ ሰብአ ኮነ ወይፈጽም ግብረ ይኩን ፍኖተ ቀዳማዩ ወከመዝ እሙነ ንብል በእንቲኣሁ ባሕቲቱ ይቤ ከመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ ቀዳሚ ለፍኖተ ሠናይቱ ውእቱሰ ኢፈጠረ ከመ ይባእ ውስቴቱ አላ ውእቱሰ ቀዳማዊ በኵሉ ጊዜ ወህልው ዘልፈ ፈጠረ ሥጋሁ በእንተ ምክንያት ዘተነግረ ።	35. ከምኡ ውን ኣብቲ ‘መጽሓፈ መዝገብ’ ከምዚ በለ፥ “እግዚአብሔር ቃል ሥጋ ኮነ፣ እቲ ሥጋ ዝፈጠረ ድማ ንኾሉ ጉይታ ምእንቲ ኽኸውን ሰብ ፈጠረ። ናይቲ እግዚአብሔር ዝሓሰቦን ዝገበሮን ጀማሪኡ ሓደ እዩ። ክርስቶስ፥ ዋንቱ ዘይድኅሥሥ እሳት ከምኡ ውን ሕይወት እዩ። ቅሩብ ኅልፍ ኢሉ ውን ከምዚ ይብል፥ ‘ሰብ እንተኾነ፡ መራሒ ንክኸውን ውን ሥራሕ እንተሠርሐ፥ ‘ንጉሠሪ ለውሃቱ ጀማሪ ጌሩ እግዚአብሔር ፈጠረኒ’ በለ ብምባል ከምዚ ኢልና ብዛዕባኡ ዋራይ ብሓቂ ንዛረብ። ንሱስ ኵሉ ጊዜ ብቐድምና ዝነበረን ንዘለዓለም ዝነብርን እየ እሞ፡ ቡቲ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ደኣ ሥጋ ፈጠረ እምበር ንክኾደረሉ ኣይፈጠሮን ።

ስምዓት ም፡ ያፍያ	ስምዓት ም፡ 124
፴፮ ወካዕበ ይቤ እመሰ ኮንክሙ ተአምኑ ከመ ክርስቶስ ኮነ ሰብአ እሙነ ወእፎኑ ኢይደልወነ ከመ ንበል ዘይደሉ ለሰብእ ዘእንበለ ኃጢአት ባሕቲታ ወይደሉ ዓዲ ከመ ንበል አንሰ ኢሀሎኩ ቀዳሚ ሰብአ ዝኩ ዘይደሉ ለህላዌ መለኮት ባሕቲቱ ወንዕቀብ ዓዲ ዘይደሉ ለህላዌ ዘበአማን ዘተፈጥረ እስመ ሰብእሰ ፍጡር ውእቱ ወበእንተ ዝንቱ ይብል እስመ እግዚአብሔር ፈጠረኒ በእንተ ዘኮነ ሰብአ ።	36. ደጊሙ ውን ከምዚ በለ፥ ‘ክርስቶስ ሰብ ከምዝኾነ ብሓቂ እንተ ደኣ ኣሚንኩም፡ ስለምንታይ ብዘይካ በይና ኃጢኣት ንሰብ ዝግብኦ ክንዛረብ ኣይግብኣናን፤ ከምኡ ድማ ‘ኣነ ካብ ቅድሙ ሰብ ኣይነበርኩን በለ’ ክንብል ይግብኣና። እዚ ዝግባእ ንባህርየ መለኮት ጥራይ እየ። ከምኡ ኸኣ ‘ሰብ ፍጡር’ እዩ እሞ ብሓቂ ነቲ ዝተፈጥረ ሥጋ ዝግባእ ክንሕሉ ይግብኣና። በዚ ድማ ሰብ ስለዝኾነ ‘እግዚኣብሔር ፈጠረኒ’ ይብል” በለ ።
፴፯ ወካዕበ ይቤ እመጽሐፍ እንተ ዘቅዱስ ቁርሎስ በውስተ ቢሶርስ በከመ ኃይል ለሊሁ ኃይል ውእቱ ኮለንታሁ ወኢይደክም ኢይትበሀል በእንቲአሁ ርኁበ እስመ ለሊሁ መብልዕ ወሕይወተ ኮሉ ውእቱ እስመ ረሰየ ሥጋሁ ሎቱ ለባሕቲቱ ዝንቱ ዘፍጥረቱ ይርኁብ ወይጸምእ ወይደክም ወከመዝ ኮነ ይኄልቍዎ ምስለ ኃጥአን ዝንቱ ዘያረ ኃጢአተነ ወተዐገሠ ሕማመነ በፈቃዱ ወሞተ ቤዛነ ተሰቅለ ክርስቶስ አኮ ከዊኖ ርጉመ ዳእሙ ከመ ያሰስል መርገመ ዘቦአ ውስቴታ አቡነ አዳም ተዐገሠ ለተሰቅሎ በእንቲአነ ወሶበ ኮነ ሥጋ ዘተዋሐደ ወኮነ ሰብአ ወተዐገሠ ለተወልዶ ከማነ እምኢይቤ ዘንተ ይቤ አላ ዘንተ በእንተ ዘውእቱ እምድንግል ቅድስት በአምሳል ዘይደሉ ለትስብእት ።	37. ከምኡ ውን ኣብቲ ቀዱስ ቁርሎስ ዝጸሓፎ ‘ቢሶርስ’ ዝበሃል መጽሓፍ ከምዚ ይብል፥ “ ንሱ ኃይሊ ብምኾኑ ኮለንትናኡ ኃይሊ እዩ፡ ዘይደክም እዩ። ንሱ ናይ ኮሉ ሕይወትን መግብን እዩ እሞ ብዛዕባኡ ንሱ ጠመየ ኣይበሃልን እዩ። ብዝተፈለየ ኣካሉ ውን ንሥጋ ገንዘብ ገበረ። እቲ ባህሪኡ ዝጠሚ ዝጸምእን ዝደክምን እዚ ሥጋ እዩ። ብኸምዚ ውን ምስ ኃጢኣን ይጽብጸብዎ ነበሩ፣ ኃጢኣትና ዝተሸከመ፡ ብፍቓዱ መከራና ዝተቐበለ፡ ምእንታና በጃ ኮይኑ ዝሞተ ንሱ እዩ። ክርስቶስ ተሰቒሉ፡ ግናኸ ነቲ ኣቦና ኣዳም ተታጎዝሉ ዝነበረ መርገም ንከጥፍእ እዩ እምበር መርገም ነይሩዎ ኣይኮነን። ስሉና ክስቀል ፈተወ። እቲ ዝተወሓደ፡ ሰብ ዝኾነን ከማና ንኽውለድ ዝፈተወን ሥጋ እንተዘይከውን ከምዚ ኣይምበለን ነይሩ። ነቲ ካብ ቅድስቲ ድንግል ዝተረኽበ ሥጋ ንትስብእት ብዘግባእ ደኣ ነዚ ተዛረቡ።”
፴፰ ወካዕበ ይቤ እስመ ልህቀትሰ ነቢር እምጥበብ በከመ ለሊሁ ጥበብ ውእቱ ወለሊሁ ኮነ ሥጋ በእንቲአነ ዘእንበለ ውላጤ ወይደሉ በእንቲአሁ ከመ ይንሣእ ልህቀተ እስመ ፩ዱ ውእቱ ምስለ ሥጋ እስመ ሥጋ ዘሎቱ ዘልማዱ ልህቀት ውእቱ ወካዕበ ይቤ ፈጠረ ሎቱ መንፈስ ቅዱስ መቅደሰ እምድንግል ወዓዲ ይቤ እስመ ሥጋሰ ፍጡር ውእቱ ዘቦቱ ነፍስ ነባቢት ወለባዊት ወዳእሙ ረሰዮ ቃል ዘኢፍጡር ፩ደ ምስሌሁ በ፩ዱ አካል ወ፩ዱ ህላዌ ወ፩ዱ ገጽ ወአልቦ መኑሂ ዘቦቱ ልብ ወዘኢኮነ ዘክልኤ ልቡ ይብል እንበይነ ዝንቱ ፪ቱ ህላዌያት ወ፪ቱ አካላት ወዝንቱሰ ወልድ ዋሕድ ተፀንሰ እምሥጋሃ ወእምአባላ ለድንግል ቅድስት እመንፈስ ቅዱስ ዝንቱ ዘገብሮ ለፍጥረቱ ወኮሎሙ ኄራን የአምኑ ቦቱ ።	38. ደጊሙ ኸኣ ከምዚ በለ፥ “ ንሱ ጥበብ ብምኾኑ፡ እዚ በብንእሽቶ ምዕባይ ካብ ጥበብ ዝተፈለየ እዩ። ንሱ ብዘይ ምልዋጥ ምእንታና ሰብ ኮነ፣ ሰብ ስለዝኾነ ድማ በብንእሽቶ ክዓቢይ ይግብኡ፣ ምኽንያቱ ምስ ሥጋ ሓደ ኮይኑ እዩ፡ እቲ ዝተወሓደ ሥጋ ውን በብንእሽቶ ምዕባይ ገንዘቡ እዩ።” ከምኡ ውን ‘መንፈስ ቅዱስ ንሥጋ ካብ ድንግል ፈጠረሉ’ በለ። ከምኡ ድማ ከምዚ በለ፥ ‘ሥጋ፡ ለባዊት ነባቢት ነፍሲ ዘለዎ ፍጡር እዩ፣ ግናኸ እቲ ዘይተፈጥረ ቃል ምስኡ ሓደ ኣካል ባህርይ ሓደ ገጽ ገበሮ ። ፈላጥን ክልተ ልቢ ዘይብሉን ዝኾነ ሰብ ብፍጹም ብዛዕባኡ ክልተ ኣካል ክልተ ባህርይ ኣለዎ ኣይንብልን እዩ። እዚ ወልድ ዋሕድ ካብ ቅድስት ድንግል ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሥጋኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ወሲዱ ተፀንሰ። እዚ ‘ሰብ ምኻን’ ነቶም ፍጡራቱ ዝገበሮ እዩ። ኮሎም ምእመናን ውን በዚ ይኣምኑ ።
፴፱ ወካዕበ ይቤ በእንተ መቅደስ እስመ መንፈስ ቅዱስ ፈጠረ ሎቱ መቅደሰ እምድንግል ወለሊሁ	39. ደጊሙ ኸኣ፥ “መንፈስ ቅዱስ ካብ ድንግል ሥጋ ከም ዝፈጠረሉ ብዛዕባ ሥጋ ተዛረበ ። ግናኸ

ስምዓት ም፥ ፻፳፬ ፥ ፻፳፭

የአምር ከመ ሎቱ ውእቱ ሥጋሂ ወመንፈስ ቅዱስሂ ወይደሉ በእንቲአሁ ልደት ወተፈጥሮ ወቦቱ መንፈስ ቅዱስ ወካዕበ ይቤ ወእመኒ ኮነ ፩ደ እምነ ፍጡራን ወውእቱሰ ይትሌዐል እምኵሉ ፍጥረት።

፵ ወካዕበ ይቤ ዝንቱ ውእቱ ዘፈጠሮ እግዚአብሔር ሊቀ ካህናት ወዓዲ ይቤ እስመ ቃል አምላክ ኮነ ታሕተ ሕግ በከመ ሥርዓተ እጓለ እመሕያው ወተአዘዘ ለሕግ ዘሙሴ በዘዚአሁ ፆታ ብዙኅ ጊዜያተ ወተዐገሠ ለተገዝሮ ሥጋ ወውሂበ ጸባሕት ወነበረ እንዘ የሐውር ወይትመየጥ ምስለ እለ ይመጽኡ ሰብእ ወይገንዩ ለሕገ ኦሪት ።

፵፩ ወካዕበ ይቤ ወኮላ ብእሲት ዘትትዌከፍ ዘርአ ወትወልድ ተባዕተ ትከውን ርኵሰተ ወባሕቱ እስመ ልደቱሰ ለክርስቶስ በሥጋ ኮነ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል በመንክር ግብር ወበአምላል ዘኢይትነገር ባቲ ወዓዲ ይቤ ውእቱሰ ኮነ ምእመነ በኀበ ዘፈነዎ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፳፭

፩ ይትዐቀቡ ምእመናን እምኵሉ ርስሐት ወያእምሩ እስመ ሀለዎሙ ያውሥኡ በዕለተ ደይን በእንተ ዘሰምዑ ወኢዐቀቡ ወአዘዘነ ከመ ንፈኑ ዘንተ ነገረ ውስተ ኵሉ ዓለም ይደልወነ ከመ ይኩን ኵሉ ለለ፩ዱ ፩ዱ እምኔነ በከመ አግሀደ ለነ እግዚእነ ሎቱ ስብሐት በፈቃደ እግዚአብሔር አብ እምነ መንፈስ ቅዱስ ወንዘከር ቃሎ ከመ ነአዝዘክሙ ቦቱ ተዝካረ ወትምህርተ አበው።

፪ ይቤ ዮሐንስ ኦ አኀውየ ንሕነ ነአምር ከመ ንትሐተት በእንተ ኵሉ ዘተውህበነ ወኢንንሣእ ገጸ ወኢመነሂ ዘሀሎ ኀቤነ ወለእመ ኮነ ለ፩ዱ ዘሀሎ ኀቤሁ ዘይብል ዘኢመፍትው ይዝልፎ እንዘ ይብል ኢኮነ ሠናየ ።

፫ ወግብሩ ለዮሐንስ ይትናገር ቅድመ ይቤ ዮሐንስ እስመ ፪ቲ መካናት ሀለዋ አሐቲ ለሕይወት ወአሐቲ ለሞት ውስተ ፪ቲ መካናት ፍልጠት ወመካነ ሕይወት ዘውእቱ ከመ ታፍቅሮ ለእግዚአብሔር አምላክከ ዘፈጠረከ በኵሉ ልብከ ወትሰብሖ ዘውእቱ አድኅነከ እሞት ዛቲ ይእቲ

ስምዓት ም፥ 124 ፥ 125

ሥጋን መንፈስ ቅዱስን ናቱ ከምዝኮነ ንሱ ይፈልጥ እዩ። ‘ተወልደ፡ ተፈጥረ’ ምባል ይግብኦ። መንፈስ ቅዱስ ውን ናቱ እዩ።” ከምኡ ውን ከምዚ በለ፥ ‘ ዋላ እኳ ከም ሓደ ካብ ፍጡራን እንተኾነ፡ ንሱስ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት እዩ።’

40. ከምኡ ውን፥ “ ‘እቲ እግዚአብሔር ኣተዓራቂ (ሊቀ ካህናት) ንክኾውን ሰብ ዝገበሮ እዚ እዩ’ በለ። ከምኡ ድማ፥ ‘ንሰብ ዝግባእ ብምኻኑ ኣምላኽ ቃል ንሕጊ ፈጸመ፣ ብዙኅ ጊዜ ብዝተፈላለየ ሥራሕ ንሕጊ ሙሴ ተኣዘዘ፣ ብሥጋ ንክግዘርን ግብሪ ንክኸፍልን ፍቓደኛ ኾነ፣ ምስቶም ሕገ ኦሪት ንምፍጻም ንበዓል ዝመጹ ዝነበሩ ሰባት ይመላለስ ነበረ ።’ ”

41. ከምኡ ድማ፥ ‘እታ ብዘርኢ፡ ንወዲ ተባዕታይ እትወልድ ሰበይቲ ክልክልቲ ነበረት፣ እቲ ክርስቶስ ብሥጋ ዝተወልዶ ግና ካብ ቅድስት ድንግል ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ብዘይምርመር ግብርን ብዘይንገር ምሥጢርን ኮነ’ በለ። ከምኡ ውን ‘ንሱስ ቡቲ ናብዚ ዓለምዚ ዝለኣኾ አብ እሙን ኮነ’ በለ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 125

1. ምእመናን ካብ ኵሉ ኃጢኣት ይተሓለዉ፣ ሰሚያም ብዘይ ምሕላዎም ኣብ መዓልቲ ፍርዲ መልሲ ከምዝህቡ ይፍለጡ። ነዚ ቃልዚ ጽሑፍና ናብ ኵሉ ኣርባዕቲኡ መዓዝናት ዓለም ኽንሰድድ ኣዘዘና። ክብሪ ይብጽሓዮ እሞ ጐይታና ከምቲ ብፍቓድ እግዚአብሔር አቡኹ ብናይ መንፈስ ቅዱስ መምህርነት ከምዝገለጸልና ነፍስ ወከፍና ኵልና ጸኒዕና ክንነብር ይግብኣና። ብእኡ እትዝክርሉ ትምህርተ አበው ምእንቲ ኽንመሀረኩም፡ ነቲ ቃል ጐይታና ክንዝክር ይግብኣና።

2. ዮሓንስ ከምዚ በለ፦ ‘ኣኀዋተየ ብዛዕባ እቲ ዝተዋህበና ጸጋ ከም እንሕተት ንሕና ንፈልጥ ኢና፣ ምሳና ካብ ዘሎ ናይ ማንም ገጽ ርኢና ኣይነዳሉ፣ ንሓደ ሰብ ኣብ ጥቓኡ ዘይግእ ዝዛረብ ሰብ እንተሎ እዚ ጽቡቕ ኣይኮነን ኢሉ ይገሥጾ ። ’

3. ልምዱ ናይ ዮሓንስ ኣቐዲሙ ይዛረብ፣ ዮሓንስ ከምዚ ይብል፥ ‘ ክልተ ቦታታት ኣለዋ፡ እታ ሓንቲ ንሞት፡ እታ ሓንቲ ድማ ንሕይወት እያ፣ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ቦታታት ፍልልይ ኣሎ፥ እታ ቦታ ሕይወት ንፈጣሪኻ እግዚአብሔር ብፍጹም ልብኻ ምፍታውን ምምሰጋንን እያ፣ እዚኣ ድማ ካብ ሞት ዘድኃንትካ እያ፣ እታ ናይ መጀመርታ ትእዛዝ እዚኣ እያ ።

ስምዓት ም፡ ፻፳፭	ስምዓት ም፡ 125
ቀዳሚት ትእዛዝ ወካልእታሂ ትእዛዝ ዛቲ ይእቲ ከመ ታፍቅር ቢጸከ ከመ ነፍስከ በዘንቱ ሕግ ወነቢያት ስቁላን ቦቱ ።	እታ ካልአይቲ ትእዛዝ ኾኣ እዚኣ እያ፣ ንኃውኻ ከም ነፍስኻ ምፍቃር እያ፣ በዚ ድማ ኵሎም ሕገ ኦሪትን ነቢያትን ጸኒያም ይነብሩ' በለ ።
፬ ይቤ ማቴዎስ ኵሎ ዘኢትፈቅድ ይርኩበከ ወአንተሂ ኢትግበር ለካልእከ ዝውእቱ ከመ ኵሎ ዘትጸልእ በርእስከ ኢትግበር ለባዕድ ወአንተ ኦ እጐየ ጴጥሮስ መሀሮሙ በዘንቱ ነገር ይቤ ጴጥሮስ ኢትቅትል ወኢትዘሙ ወኢታማስን ሕፃን ንኡሰ ኢትስርቅ ወኢትኩን ማእምረ ወኢረዓዬ ኮኵብ ወኢትኩን መሠርየ ወኢትቅትል ፃእፃእ ንኡሰ በውስተ ከርሠ እሙ ኢእምድኅረ ተወልደ ኢትቅትሎ ።	4. ማቴዎስ ድማ ከምዚ ይብል፥ ' ነቲ ኣባኻ ክግበር ዘይትደልዮ ኵሉ ንስኻ ኣብ ጎረቤትካ ኣይትግበር፣ እዚ ድማ ነቲ ኵሉ እትጸልኦ ኣብ ካልኦት ኣይትግበር ማለት እዩ። ኣንታ ጎወይ ጴጥሮስ! ንስኻ ውን ነዚ ነገርዚ መሃሮም' በለ ። ጴጥሮስ ውን ከምዚ ይብል፥ 'ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ነቲ ንእሽቶ ሕፃን ብዝግባእ ቀጺዕካ ኣዕብዮ፡ ኣይትሰረቕ፡ እፈልጥ እየ ኣይትበል፡ ቁጽሪ ኮኾብ ኣይትኹን፡ ኩዑቲ ሥር ቀንጣቢ ቁጽሊ መሠርይ ኣይትኹን፡ ነቲ ዘይጸንዔ ድቂ ፅንሲ ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ ኣይትቕተል፡ ድጎሪ ምውላዱ ውን ኣይትቕተሎ ።
፭ ወኢትፍቱ ወኢምንተኒ ንዋየ ካልእከ ወኢትጽላእ መነሂ እምሰብእ ወኢትኩን ስምዐ በሐሰት ወኢትንብብ እኩየ ላዕለ መኑሂ ወኢትሐሊ ከመ ትግበር እኩየ ወኢትኩን ዘፀእኤ ልቡ ወኢዘ ፀእኤ ልሳኑ እስመ ዘፀእኤ ልሳኑ መሥገርት ውእቱ ለሞት ወኢይኩን ነገርከ ከንቶ ወኢትኩን ሐሳዌ ወኢትኩን መፍቀሬ ንዋይ ብዙኅ ወኢትኩን ተዐጋሌ ወኢመድለዌ ወኢዘእኩይ ልቡ ወኢዕቡየ ወኢትምክር ምክረ እኩየ ላዕለ ቢጽከ ኢትጽዓል መነሂ እምሰብእ አላ ገሥጾ ወለባዕዳንሂ ጸሊ ወትሜህሮሙ ወአፍቅሮሙ ፈድፋደ እምነፍስከ።	5. ዝኾነ ይኹን ገንዘብ ብጻይካ ኣይትመነ፡ ንዋላ ሓደ ካብ ሰብ ውን ኣይትጽላእ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ንዋላ ሓደ ሰብ ክፋእ ኣይትዛረብ፡ ክፋእ ክሠርሕ እየ ኣይትበል፡ ክልተ ዝልቡ ክልተ ዝልሳኑ ኣይትኹን፡ ምኽንያቱ እቲ ክልተ ዝልሳኑ ሰብ መጻወድያ ሞት እዩ፣ ከንቱ ነገር ኣይትዛረብ፡ ሓሳዊ ኣይትኹን፡ ፈታው ብዙኅ ገንዘብ ኣይትኹን፡ መንጣሊ ኾነ መዳለዊ ኣይትኹን፡ ተጠራጣሪ ዕቡይ ኣይትኹን፡ ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ክፋእ ኣይትምከር፡ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ኣይትጽረፍ። እኳ ደኣ ምዓድን ምሃርን፣ ንኻልኦት ጸልየሎም፡ መሃሮም፡ ዝያዳ ርእሰኻ ውን ፍተዎም' በለ ።
፮ ይቤ እንድርያስ ኦ ወልድየ ጕየይ እምኮሉ እኩይ ወጽላእ ኵሎ እኩየ ወኢትኩን መዓትመ እስመ መዓት ይስሕብ ኀበ ቀትል እስመ መዓት ጋኔን እኩይ ውእቱ ወኢትኩን ቀናኤ ወኢቍጡዐ ቀትል እስመ ዝንቱ ያማስን ወያወርስ እከየ ።	6. እንድርያስ ከምዚ በለ፥ 'ወደየ! ካብ ኵሉ ክፋእ ነገር ርሓቕ፡ ንኾሉ ክፋእ ነገር ኣይትፍተው፡ ቀጥዓ ናብ ቅትለት የብጽሕ እዩ ከምኡ ውን ቍጥዓ ክፋእ ጋኔን እዩ እሞ ቍጡዕ ኣይትኹን፣ ቀናእ ኮነ ሀከተኛ ኣይትኹን፡ እዚ ጕዳእን ፍዳ ዘምጽእን እዩ። '
፯ ይቤ ፊልጶስ ኦ ወልድየ ኢትኩን ፈታዌ እስመ ፍትወት ትስሕብ ውስተ ዝሙት ወእምድኅሬሁ ትፈስዮ ለብእሲ ሠሐቀ ወሥላቀ ለኮሉ እስመ ፍትወት ጋኔን ይእቲ መስሕት እስመ ሶበ የኀብር ጋኔነ መዓት ምስለ ጋኔነ ፍትወት እስመ ውእቱ ሐጕል ለዘይገብሮ ወሀበ ሀሎ መንፈስ ርኩስ ኃጢአት ውእቱ ለነፍስ ለእመ ረከበ ኀበ ይበውእ ንስቲተ እስመ ያርሕቦ ለውእቱ መካን ወያነሥእ ምስሌሁ ኵሎ መናፍስተ ርኩሳነ ወያበውእ ላዕለ ይእቲ ነፍስ ወኢየኀድኅ ለብእሲ ይትለዐል ግሙራ ከመ ይርአይ ጽድቀ ለኀዲጎ መዓትክሙኒ ቦቱ ዐቅም ከመ ታቍርሩ ወታስተድኅሩ	7. ፊልጶስ ከምዚ በለ፥ 'ወደየ! ስስዐ ናብ ዝሙት ተብጽሕ እያ እሞ ስሱዕ ኣይትኹን፡ ብድኅሪዚ ውን ነቲ ሰብ መስሓቕን መሣለቕን ኵሉ ትገብሮ እያ፡ ምኽንያቱ ስስዕቲ እትስሕት ጋኔን እያ፣ ዘቁጥዕ ጋኔን ምስ ዘስስዕ ጋኔን ክተሓባበር ከሎ ዘቁጥዕን ዘስስዕን ጉድኣት እዩ፣ ርኹስ መንፈስ እንተደኣ ኃዲሩ ነፍሲ ይጉድእ፡ ዝኃድረሉ ዝኣትወሉ ቍሩብ ምኽንያት ምስ ዝረክብ ከኣ ንሱ ሰፈሩ ኣገፋፊሑ ንኾሎም ርኹሳን ኣጋንንቲ ጎዙ መጺኡ ኣብታ ነፍሲ እቲኣ ይኃድር። ቅኑዕ ነገር ንክርእይን ትንሣኤ ልቡና ክረክብን ፈጺሙ ኣይኃድጎን እዩ፣ እቲ ቁጥዓኹም ናብ ክፋእ ሥራሕ ምእንቲ ከየብጽሓኩም ቍጥዓኹም ንምዝሓልን ምጎላፍን መጠን ይሃልዎ፣

ስምዓት ም፡ ፻፳፭	ስምዓት ም፡ 125
መዓተክሙ ከመ ኢያውድቅሙ ውስተ ገቢረ እኩይ ወፈድፋደ መዓት ወፍትወት እኩይ ውእቱ ሶበ ይነብሩ ጉንዱየ መዋዕለ ዘእንበለ ይቀርር መዓቶሙ ይከውኑ አጋንንት ሶበ ይቀንይዎሙ ለሰብእ አጋንንት ያውዕዩ ነፍሶሙ ወሶበ ያበጽሕዎ ለገቢረ ዓመፃ ይሣለቅዎ ወይትፈሥሑ በሐጕለ ነፍሱ ።	ቍጥዐን ለለዕትን እምብዛ ክፋእ እየ። ሕርቃኖም ከይዘሓለ እንተ ወዓሉን እንተ ኃደሩን ከም ኣጋንንቲ ይኾኑ፣ ኣጋንንቲ ኣብ ሰባት ምስ ዝኃድሩ ነቲ ሰብኡቶም የጨንቑዎን የቃጽልዎን፡ ናብ ገቢረ ኃጢኣት ምስ ኣብጽሕዎ ድማ የላግጽሉ፣ ብጕድኣት ነፍሱ ውን ይሕጉሱ ። ’
፰ ይቤ ሰምዖን ኦ ወልድየ ኢትኩን ነባቤ እኩይ ወኢልዑለ ዓይን እስመ በዝንቱ ይከውን ዝሙት።	8. ሰምዖን ከምዚ ይብል፥ ‘ወደየ! ክፋእ ዝዛረብ ኣይትኹን፡ ዝሙት ዘኽትል እየ እሞ ዘዋሪ ዓይኒ ኣይሃልኻ ። ’
፱ ይቤ ያዕቆብ ኦ ወልድየ ኢትኩን ዘትበል በትእምርታት ወኢተጠያሬ በሥፍ እስመ ዝንቱ ኮሉ ይመርሕ ኀበ አምልኮ ጣዖት ወኢመዓንስበ ወኢረቃዬ ወኢእምሰብእ ወኀራዬ ሰዓታት ወኢኀራዬ ዕለታት ወኢረዓዬ ኮኮብ ወኢመሠርየ ወኢእምነ ሰብአ ፋላት ወኢትፍቱ ከመ ታእምሮሙ እስመ በዝንቱ ይከውን አምልኮ ጣዖት ።	9. ያዕቆብ ከምዚ በለ፥ ‘ወደየ! ብምልክት እትምራሕ ብዑፍ እትጥንቍል ኣይትኹን፣ ኮሉ እዚ ናብ ኣምልኾ ጣያት ዘብጽሕ እየ፣ ጋኔን ዝስሕብ፡ ዝነጽግ፡ ከምቶም ሰዓታት ዝኃርዩን መዓልታት ዘማርጹን ሰባት ወይ ቁጻሪ ኮኾብ፡ ኩዓቲ ሥርን ቀንጣቢ ቁጽልን ጠንቋሊ ኣይትኹን። ኣምልኾ ጣያት የኽትል እየ እሞ ነዚኦም ክትመሃሮም ክትፈልጦም ኣይትድለ። ’
፲ ይቤ ናትናኤል ኦ ወልድየ ኢትኩን ሐሳዌ እስመ ሐሰት ይወስድ ኀበ ስርቅ ወኢትኩን መፍቀሬ ወርቅ ወመፍቀሬ ተወድሶ በከንቱ እስመ ዝንቱ ኮሉ ይከውን ዘይስሕብ ኀበ ሰሪቅ ።	10. ናትናኤል ከምዚ በለ፥ ‘ወደየ! ሓሶት ናብ ስርቂ ይወስድ እየ እሞ ሓሳዊ ኣይትኹን፣ ፈታዊ ወርቂ ኮነ ፈታዊ ውዳሴ ከንቱ ኣይትኹን፣ ምኽንያቱ እዚ ኹሉ ናብ ስርቂ የብጽሕ እየ ። ’
፲፩ ይቤ ይሁዳ ኦ ወልድየ ኢትኩን መንጉራጉረ እስመ ነጕርጓር ይስሕቦ ለሰብእ ኀበ ጽርፈት ወኢትኩን ኃያለ ወኢሐላፄ እኩይ እስመ በዝንቱ ይከውን ክሕደት ኩን የዋህ እስመ የዋሃን ይወርሱ መንግሥተ ሰማያት ኩን መስተሣህለ ወመሓሬ ሰላማዌ በንጹሕ ልብ እምኮሉ እኩይ ዘእንበለ ኃጢኣት ኩን ትሑተ ወኄረ ወተዐቀብ በረዓድ እምቃል ዘሰማዕኳሁ ኢትትዐበይ ወኢትረሲ ነፍስከ ምስለ ዕቡያን አላ ምስለ ሰብእ ትሑታን ወጻድቃን ወኮሎ ዘይረክበከ ተወከፍ በአኩቴት ወአእምር ከመ አልቦ ዘይከውን ወኢምንተኒ ዘእንበለ እምኀበ እግዚአብሔር ።	11. ይሁዳ(ታዴዎስ) ከምዚ በለ፥ ‘ወደየ! ምጉርምራም ንሰብ ናብ ምጽራፍ የብጽሐ እየ እሞ መዕዘምዘሚ ኣይትኩን፣ ክሕደት በዚ እየ ዝመጽእ እሞ ክፋእ ነገር ዝሓሰብ ገፋዒ ኣይትኹን፣ ይቕረ በሃለ ኹን፣ ምኽንያቱ ቂም በቕል ዘይብሎም ሰባት መንግሥተ ሰማያት ይወርሱ እዮም እሞ ይቕረ በሃለ ርኅሩኅ ንኾሉ ኃጢኣት ብዘይብሉ ንጹሕ ልቢ ዝፈቱ ኩን፣ ትሑት ለዋህ ኩን፣ ቡቲ ዝሰማዕኳዮ ቃል ብፍርሃት ካብ ክፋእ ሥራሕ ተሓለው፣ ኣይትተዓቡ ንሰብእትካ ምስቶም ትሑታትን ዓበይትን ሰባት ደኣ እምበር ምስ ዕቡያት ኣይተጎበር፣ ንኾሉ ዝበጽሕካ መከራ ብምስጋና ተቐበሎ፣ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ዋላ ሓደ ዝኸውን ከም ዘየሎ ፍለጥ ። ’
፲፪ ይቤ ቶማስ ኦ ወልድየ ለዘይነግረከ ቃለ እግዚአብሔር ወዘኮነ ለከ ምክንያተ ሕይወት ወወህበከ ሕልቀተ ክብር አፍቅሮ ከመ ብንተ ዓይንከ ወተዘከሮ መዓልተ ወሌሊተ ወአክብሮ ከመ እግዚአብሔር እስመ መካን ኀበ ይዘክሩ መለኮተ እስመ እግዚአብሔር ሀሎ ህየ ሐውጾ	12. ቶማስ ከምዚ ይብል፥ “ወደየ! ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ዝነግረካ፡ ምኽንያተ ሕይወት ዝኾነካን ናብ ውልድነት ዘብቅዓካን ሰብ ከም ብሌን ዓይንኻ ኣፍቅሮ፣ ለይትን መዓልትን ውን ዘክሮ፣ ከምቲ እግዚኣብሔር ዘኽበሮ ጌርካ ኣኽብሮ፣ ከመይ እግዚኣብሔር ኣብቲ ስሙ ዝጽውዕሉ ቦታ ኣብኡ ይነብር እየ እሞ፡ ምስ ቅዱሳን ዝውዕል ቅዱስ እየ

ስምዓት ም፡ ፻፳፭	ስምዓት ም፡ 125
ኮሎ ኣሚረ እለ ተርፋ ቅዱሳነ ከመ ታዕርፍ ጎበ ቅዱሳን ይከውን ቅዱሰ ።	ዝኸውን እሞ ቡቲ ትምህርቶም ምእንቲ ኽትጸናናዕ እናኸድካ ኑዮም ካልኦት ቅዱሳን ሕተት ።
፲፫ ወአክበሮ በአምጣነ ኃይልከ ወእምነ ጻማከ ወግብረ እደዊከ ሀቦ እስመ እግዚአብሔር ረስየከ ድልወ ትርኩብ በጎቤሁ ሲሳየ መንፈሳዊተ ወሕይወተ ዘለዓለም ወይደልወከ ፈድፋደ ከመ ተህቦ ሲሳየ ኃላፌ ዘዝንቱ ዓለም ለዘይትቀነይ ይደልዎ ዓስቡ ኢትፍፅሞ ለብዕራይ በጎበ ምክያድ መኑ ዘይተክል ወይነ ወኢይበልዕ ፍሬሁ።	13. ብዝክኣለካ መጠን ኣኽብሮ፡ ካብቲ ዓስቢ ዝደኸምካሉ ፍረ ሥራሕካ ሃቦ፣ ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ብእኡ ምኽንያት መንፈሳዊ መግብን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ንኽትረክብ ጌሩካ እዩ። ነዚ ኃላፊ ናይዚ ዓለምዚ መግቢ ኽትህቦ ይግብኣካ እዩ። ንኣገልጋሊ ዓስቡ ይግብኦ እዩ፡ ኣብ ዓውዲ ኣፍ ብዕራይ ኣይትእሰር፡ ወይኒ ተኺሉኽ ፍሬኡ ዘይበልዕ መን እዩ፧ ”
፲፬ ይቤ ኬፋስ ኢትግበር ፍልጠተ አላ አስተዓርቅ ለእለ ተበአሱ በሰላም ወፍታሕ በርትዕ ኢትንሣእ በገጸ ባዕል ላዕለ ጎጡእ እስመ ብዕል ኢይጸንዕ በጎበ እግዚአብሔር ወኢታክብር ዕቡየ ወኢትሰአል ሎቱ መጽሐፈ አላ በጎቤሁ ዕሩየ ግበር ሎቱ ወኢትኩን ናፋቂ እንዘ ትጼሊ ወሐሊ ዘተመነይከ ወይፈጽም ለከ እግዚአብሔር ።	14. ጴጥሮስ (ኬፋ) ከምዚ በለ፥ “ ኑዮም ዝተጻልኡ ብፍቕሪ ብሰላም ኣተዓርቕ እምበር ንሰብ ዝፈላሊ ሥራሕ ኣይትሥራሕ፣ ብቅንዕና ፍረድ፡ ንሃብታም ኣዳሊኻ ኣብ ድኻ ኣይትፍረድ፣ ከመይ ሃብቲ ንእግዚኣብሔር ዘገድሶ ኣይኮነን። ንትዕቢተኛ (መናፍቕ) ኣይተኽብሮ፡ ካብቲ ዝዛረቦ ደኣ መልሰሉ እምበር መጽሓፍ ኣይትጥቀሰሉ፣ ክትጽሊ ከሎኻ ተጠራጣሪ ኣይትኹን፣ ንእትልምኖ ኣስትውዕሎ፡ እግዚኣብሔር ድማ ክፍጽመልካ እዩ።
፲፭ ወኢትኩን ዘትሐሊ እኩየ ሶበ ትሰፍሕ እዴከ ወሶበ ትፈጽም ታገብእ ጎቤከ ለእመ ብከ ውስተ እዴከ ምንተኒ ዘወሀበከ ወተጎሥሥ መድኀኒተከ እምጎጢአትከ ወኢትኩን ዘፀእኤ ልቡ ሶበ ትሁብ ዘትረክብ ወአእምር መኑ ውእቱ ዘየዓሥየከ ወኢታስተጎፍሮ ለዘሰአለከ አላ ተካፈል ምስለ ፅኑሳን በኮሉ ወኢምንተኒ ወኢትበል ሊተ ለባሕቲትየ ንዋይየ ለእመ ኮንክሙ ሱቱፋነ በበይናቲክሙ በዘይማሰን እፎኬ በዘኢይማሰን ።	15. ኢድካ ንምጽዋት ክትዝርግሕ ከሎኻ ክፋእ ነገር ኣይትሕሰብ፣ እንተ ሂቡካ ዓስብኻ ክትረክብ ኢኻ እሞ ካብቲ ዝሃበካ ዝኾነ ገንዘብ ኣብ ኢድካ እንተሎካ፡ ካብ ኃጢኣትካ ድኅነት ድለ፣ ኑቲ ዝረኸብካዮ ኣብ እትህበሉ ጊዜ ተወላዋሊ ኣይትኹን፣ እቲ ዓስብኻ ዝህበካ መን ምኻኑ ፍለጥ፣ ኑቲ ዝለመነካ ኣይተጎፍሮ፣ ዝኾነ ይኹን ውን ኮሉ ምስ ድኻታት ተኻፈሎ እምበር ገንዘበይ ናይ ግለይ እዩ ኣይትበል፣ ብኃላፊ ገንዘብ ነሓድሕድኩም እንተ ደኣ ሓቢርኩም፡ ከመይ ደኣ ቡቲ ዘይኃልፍ ሓደ ኣይትኾኑን።
፲፮ ይቤ በርተሎሜዎስ አስተበቍዓክሙ አኀውየ እንዘ ብክሙ መዋዕል ወአንትሙ ትክሉ ገቢረ ሠናይ ምስሌሁ ወኢታስትቱ ውሂበ እምዘብክሙ ዘትሁቡ እስመ ዕለተ እግዚአብሔር ቅሩብ ወየኀልፍ ኮሉ ዘያስተርኢ ወዘኀቡእ ወይመጽእ እግዚአብሔር ወዕሜቱ ምስሌሁ ኩኑ ገባርያነ ሕግ ለርእስክሙ ወኩኑ መምህራነ ለካልኦኒክሙ ከመ እግዚአብሔር መሀረክሙ ዕቀቡ ዘተመሀርክሙ ወኢትወስኩ ላዕሌሁ ወኢታንትጉ እምኔሁ ይቤ ጴጥሮስ ኦ አኀው መጻሕፍት ይሜህራክሙ በእንተ ዘተርፈ ትእዛዝ ።	16. በርተሎሜዎስ ከምዚ በለ፥ “ ኣኀዋተየ! እልምነኩም ኣሎኹ፣ ጊዜ ከሎኩም ምስ እዚ ውን ሠናይ ምግባር እናኸኣልኩም ካብቲ ዘሎኩም ንምሃብ ሸለል ኣይትበሉ፣ እግዚኣብሔር ዝመጸሉ መዓልቲ ቀረባ እዩ እሞ እዚ ኮሉ ዝረአን ዘይረአን ኪኃልፍ እዩ፡ እግዚኣብሔር ኪመጽእ እዩ፡ እቲ ዝህቦ ዓስቢ ውን ምስኡ እዩ፣ ንገዛእ ርእስኹም ፈጸምቲ ሕጊ ኩኑ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝመሃረኩም ንካልኦት መሃሩ፣ ኑቲ ዝተመሃርኩምዎ ውን ሓልዉ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ዝተመሃርኩምዎ ኣይትወስኹ፡ ካብቲ ዝተመሃርኩምዎ ውን ኣይትነክዩ ። ” ጴጥሮስ፡ ‘ኣኀዋተየ! ብዛዕባ እዞም ተሪፎም ዘለዉ ትእዛዛት እቶም መጻሕፍቲ ክምህሩኹም እዮም ’ በለ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖

ስምዓት ም፡ ፻፳፯	ስምዓት ም፡ 126
ምዕራፍ ፻፳፯ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 126 ክፍሊ 1**
፩ እመጽሐፈ ቅዱስ ጳውሎስ ሐዋርያ ልሳነ ዕፍረት ዘንተ እብል ወአሰምዕ በእግዚእነ በእንቲአክሙ ከመ ኢትሑሩ እንከ ከመ አሕዛብ እለ የሐውሩ በሙስና ልቦሙ ወጽሉም ሕሊናሆሙ ወነኪራን እምሕይወተ እግዚአብሔር በዕበዶሙ ወበጽላሌ ልቦሙ ቅቡጻን እለ መጠዉ ርእሶሙ ለሕርትምና ወለኮሉ ምግባር ርኩሰ ወለምርዓት ።	1. ልሳነ ዕፍረት ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ካብ ዝጸሓፎ፡ “እዚ እብል ኣሎኹ፡ ብጉይታና ኣሰምዓልኩም ውን ኣሎኹ። እዚ ኸኣ ከምቶም ብከንቱ ሓሳብ ልቦም ዝነብሩ ኣሕዛብ ከይትነብሩ እዩ፣ ንሳቶም ብሰሪ ዕዉር ልቦምን ቡቲ ዕሽነቶምን ድንቁርናኦምን ካብ ሕይወት እግዚኣብሔር ርሑቓት እዮም፣ ሰብነቶም ከኣ ንጥፍኣትን ንኾሉ ርኹስ ተግባርን ዝሙትን ዝወፈየ ቅቡጻት ተሰፋ እዮም ። ኤፌ. 4፡17-32፣ 5፡1-20።
፪ ወአንቱሙሰ አኮ ከማሁ ዘተምህርክምዎ ለክርስቶስ እመሰ አማነ ትሰምዕዎ ወትትሜህሩ በኀቤሁ ጽድቀ እስመ ጽድቅ ውእቱ በኢየሱስ ክርስቶስ አእትቱ እምኔክሙ ግዕዘክሙ ዘትካት እብል በእንተ ብሉይ ብእሲ ዘይማስን በፍትወተ ስሒት። ሮሜ ፮፡፮-፲፫ ። ቁላ ፫፡፱ ።	2. ንስኻትኩም ግና ንክርስቶስ ዝተመሃርኩምዎ ከምዚ ጌርኩም ኣይኮነን። እንተደኣ ብሓቂ ሰሚዕኩምዎ፡ ንሓቂ ኸኣ ብእኡ እንተደኣ ተማሂርኩም ኼንኩም ሓቂ ኣብ ክርስቶስ እዩ ዘሎ እሞ ነቲ ዝቐደመ ሥራሕኩም ካባኻትኩም ኣርጎቑ፣ ብዛዕባ እቲ ብትምኒት ስሕተት ዝልወጥ ኣረጊት ሰብነት እየ ዝዛረብ ዘሎኹ። ሮሜ 6፡ 6-13 ። ቁላ. 3፡9 ።
፫ ሐድሱ መንፈስ ልብክሙ ወልበሰዎ ለሐዲስ ብእሲ ዘመጽአ እምኀበ እግዚአብሔር በጽድቅ ወበርትዕ ወበየውሃት ወበእንተዝ ግድፍዎ ለሐሰት ወተናገሩ ጽድቀ ኮልክሙ ኣሐዱ ምስለ ካልኡ እስመ አሐዱ አባል ንሕነ ተምዑ ወኢተአብሱ ወዘእንበለ ይዕርብ ፀሐይ አቀርሩ መዐተክሙ ። ዘፍ ፩፡፳፮-፳፯ ። መዝ ፬፡፭ ። ያዕ ፩፡፲፱-፳ ።	3. ንፍልጠት ልብኹም ኣሐድሰዎ፣ ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ተወሊዱ ዝመጸ ክርስቶስ ብሓቅን ቕንዕና ለውሃትን ምሰልዎ። ምእንትዚ ሓደ ኣካል ኢና እሞ ኮልኹም ሓሶት ኃዲኩም ምስ ብጾትኩም ሓቂ ተዛረቡ፣ ክትቀጥዑ ከለኹም ኣይትበድኡ፡ ፀሓይ ከይዓረበት ውን ነቲ ቀጥዓኹም ኣዝሕልዎ። ዘፍ. 1፡26-27። መዝ. 4፡5 ። ያዕ. 1፡19-20 ።
፬ ወኢተሀብዎ ፍኖተ ለሰይጣን ዘይሰርቅኒ ኢይሰርቅ እንከ ለይትገበር ወይጸሙ በእደዊሁ ለሠናይ በዘይረድኦ ለጽኑስ ኮኑ ነገር ሕሱም ኢይጸእ እምአፋክሙ ዘእንበለ ሠናይ በዘይትሐነጽ ትካዘክሙ ከመ ይርከቡ ሞገስ እለ ይሰምዑክሙ። ፩ተሰ ፬፡፲፩ ። ቁላ ፬፡፮ ።	4. ንሰይጣን መገዲ ኣይትሃብዎ፣ እቲ ሰራቒ ነቲ ድኻ ዝረድኣሉ ገንዘብ ምእንቲ ክህልዎስ ሠናይ እናገበረ ደኣ ብዕዮ ኢዱ ይጽዓር እምበር ደጊምሲ ኣይሰረቐ ። እቶም ዝሰምዕኹም ቡቲ ዝኃዘንኩሙሉ ሥራሕ ዝፍጸመሉ ገንዘብ ክብሪ ምእንቲ ክረኽቡ ሠናይ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር ክፋእ ዘረባስ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ። 1ይ ተሰ. 4፡11። ቁላ. 4፡6 ።
፭ ወኢታምዕዕዎ ለመንፈስ ቅዱስ ዘቦቱ ዐተብክሙ በዕለተ መድኃኒት ኮሎ መሪረ ወኮሎ መዐተ ወኮሎ ቀጥዐ ወገዓረ ወኮሎ ጽርፈተ አእትቱ ምስለ ኮሉ እኩይ ። ኢሳ ፷፫፡፲ ። ቁላ ፫፡፰ ።	5. ነቲ ኣብ ዝኣመንኩምሉ መዓልቲ ዝኾበርክምሉ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጉህይዎ። ብዘሎ እቲ ምረትን ነድርን ቀጥዓን ኮነ መርገምን ጸርፍን ምስ ኮሉ ክፍኣት ካባኻትኩም ኣርጎቑ።ኢሳ. 63፡10።ቁላ. 3፡8።
፮ ወኩኑ መሓርያነ ለቢጾክሙ ወተጸገዉ በበይናቲክሙ ወመሐሩ ወሥረዩ በከመ ሠረየ ለክሙ እግዚአብሔር በክርስቶስ ። ማቴ ፲፰፡ ፴፫-፴፭ ። ቁላ ፫፡፲፫ ።	6. ከምቲ እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለኩም ንብጻይኩም ምሕረት ግበሩ፣ ንሓድሕድኩም ተረዳድኡ፡ ይቕረ ተባባሃሉ ። ማቴ. 18፡33-35። ቁላ. 3፡13 ።
፯ ተመሰሉ በእግዚአብሔር ከመ ውሉድ ፍቁራን ወሑሩ በተፋቅሮ በከመ አፍቀረክሙ ክርስቶስ ወመጠወ ርእሶ በእንቲአክሙ መሥዋዕተ ወቀርባነ ለእግዚአብሔር መዓዛ ሠናየ ። ማር ፲፪፡፴፩ ። ዕብ ፲፡፲ ።	7. ከምቶም ፍቁራት ውሉድ ንእግዚኣብሔር ምሰሉ፣ ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩምን ከም ምዑዝ ሠናይ መሥዋዕትን ቁርባንን ጌሩ ኸኣ ንገዛእ ርእሱ ምእንታኹም ንእግዚኣብሔር ዝሃበን ብፍቕሪ ንበሩ። ማር. 12፡31። ዕብ. 10፡10 ።

ስምዓት ም፡ ፻፳፯	ስምዓት ም፡ 126
፳ ወዝሙትሰ ወኮሉ ርኵሰ ወትዕግልት ኢይሰማዕ በላዕሌክሙ በከመ ኢይደልዎሙ ለቅዱሳን ነገረ ከንቱ ወነገረ ሐሰት ወነገረ ጎፍረት ወነገረ እበድ ወሥላቅ ዘኢይደሉ ለገቢር እንበለ ዳእሙ አእኵቶ ዘንተ አእምሩ ወጠይቁ ከመ ኮሉ ዘማዊ ወርኩሰ ወመሰተዓግል ወዘያጣዕ አልቦ መክፈልት ውስተ መንግሥተ ክርስቶስ ዘእግዚአብሔር ። ፩ቆሮ ፮፡፱-፲፩ ።	8. ዝሙት ኮነ ኮሉ ርኽሰትን ስስዐን ግና ኣባኻትኩም ኣይሰማዕ፣ ንእግዚኣብሔር ምምስጋን እንተዘይኮይኑ ከንቱ ዘረባ፡ ሓሶት፡ ዘሕንኽ ዘረባ፡ ክግበር ዘይግባእ ዘረባ ዕሸነትን ላግጽን ንቅዱሳን ዘይግብኦም ምኻኑ ነዚ ተረድኡ ። ኮሉ እቲ ዘማዊ፡ ወይ ርኹስ ወይ ስሱዕን መምለኺ ጣያትን ኣብታ ክርስቶስ ዘውርሳ መንግሥተ እግዚኣብሔር ግደ ከምዘይብሉ ፍለጡ ። 1ይ ቆሮ. 6፡9-11 ።
፱ አልቦ ዘያስሕተክሙ በነገር ከንቱ ዘበእንቲኣሁ ይመጽእ መዓተ እግዚአብሔር ላዕለ ውሉደ ዓላወያን ኢትትመሰልዎሙኬ እስመ ትካት ጽልመት አንትሙ ወይእዜሰ ብርሃነ ኮንክሙ በእግዚእነ ከመ ውሉደ ብርሃን ሑሩ እስመ ፍሬሁ ለብርሃን ኮሉ ምግባረ ሠናይ ጽድቅ ወርትዕ። ፩ጴጥ ፪፡፱። ሉቃ ፲፮፡፰። ዮሐ ፲፪፡፴፮።	9. እምበኣር ብሰሪዘ ኣብቶም ዓመጸኛታት ውሉድ መቅሠፍቲ እግዚኣብሔር ይወርድ እየ እሞ ሓደ እኳ ብኽንቱ ዘረባ ኣየስሕትኩም፣ እምበኣርሲ ኣይትምሰልዎም ። ከመይ ቀደም ዓያሹ ነበርኩም፡ ሕጂ ግና ብጐይታና ፈላጣት ኮይንኩም ኢኹም፣ ፍረ ፍልጠት ኮሉቲ ምግባረ ሠናይ ጽድቅን ቅንዕናን እየ እሞ ከምቶም ፍልጠት ዘለዎም ውሉድ ንበሩ። 1ይ ጴጥ. 2፡9። ሉቃ. 16፡8 ። ዮሓ. 12፡36 ።
፲ አመክሩ ዘያሠምሮ ለእግዚአብሔር ወኢትሑሩ ምስለ እለ አልቦሙ ፍሬ ምግባር ወጽልመት ኮለንታሆሙ ወዓዲ ገሥጽዎሙ እስመ ዘበጽሚት ይገብሩ ጎፍረት ለነጊር ወዘሰ ክሡት ውስተ ብርሃን ይትዐወቅ እስመ ኮሉ ዘገሃድ ብርሃን ውእቱ ። ሮሜ ፩፡፳፬-፳፯ ። ዮሐ ፫፡፳-፳፪ ።	10. ነቲ ንእግዚኣብሔር ዘሐጕሶ ነገር መርምሩ፣ ኑቶም ፍረ ዘይብሉ ግብሪ ጸልማት ዝገብሩ ሰባት ገሥጽዎም ደኣ እምበር ምስኦም ጎብረት ኣይሃልኹም፣ ምኽንያቱ እቲ ብጎቡእ ዝገብርዎ ንምዝራቡ ዘሕንኽ እየ።እቲ ብግሀዶ ዝግበር ኮሉ ናይ ፍልጠት ሥራሕ ስለዝኾነ ኮሉቲ ግሁድ ሥራሕ ብፍላጥ ከምዝግበር ይፍለጥ። ሮሜ 1፡24-28 ። ዮሓ. 3፡20 -22 ።
፲፩ እስመ ይቤ ንቃሕ ዘትነውም ወተንሥእ እሙታን ወያበርህ ለከ ክርስቶስ ዑቁ አንዊነ ጥዩቀ በዓይ ግዕዝ ተሐውሩ ከመ ጠቢባን ወአኮ ከመ አብዳን እንዘ ታናሐስይዎ ለዝ ዓለም እስመ እኩይ መዋዕሊሁ በእንተ ዝንቱ ኢትኩኑ አብዳነ አላ ሐልዩ ፈቃደ እግዚአብሔር። ኢሳ ፷፡፩ ። ቈላ ፬፡፭ ።	11. 'ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ ንቃሕ፡ ካብ ምዉታን ውን ተንሥእ ክርስቶስ ከኣ ኩብርሃልካ እዩ' ኢሉ እዩ እሞ ኣጎዋትና ከምቶም ዘይፈልጡ ዓያሱ ዘይኮነስ ከም ፈላጣት ለባማት ብኽመይ ዝበለ ግብሪ ጸኒዕኩም ከምእትነብሩ ፍለጡ። ነዚ ዓለምዚ እናነዓቅኩም ዘመኑ ክፋእ እየ እሞ ምእንቲዚ እቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር እንታይ ምኻኑ ኣስተውዕሉ ደኣ እምበር ዓያሹ ኣይትኹኑ። ኢሳ. 60፡1። ቁላ. 4፡5።
፲፪ ወኢትስክሩ ወይነ እስመ ምርዓት ውእቱ ወይከልእ ርትዐ ውእቱ አላ ኩኑ ፍጹማነ በመንፈስ ቅዱስ ወአንብቡ መዝሙረ ወስብሐተ ወማኅሌተ ቅድሳት ሰብሑ ወዘምሩ ለእግዚአብሔር በልብክሙ ወአእኵቶ ኮሎ ጊዜ በእንተ ኮሉ በስመ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ አእኵትዎ እግዚአብሔር አብ በእንቲአሁ ። መዝ ፴፫(፴፬)፡ ፪-፫ ። ቈላ ፫፡፲፮ ።	12. ብመንፈስ ቅዱስ ደኣ ፍጹማት ኩኑ እምበር ናብ ዕብዳን ስለዘብጽሕን ንቅኑዕ ነገር ስለዝኽልክልን ወይኒ ሰቲኹም ኣይትሰክሩ። ግናኸ መዝሙር ኣንብቡ፡ ምስጋና ሙሴን ዝተፈልየ መኃልየ ሰሎሞንን ኣቡነ ዘበሰማያትን ድገሙ። ብልብኹም ደስ ኢልኩም ውን ንእግዚኣብሔር ኣመስግኑ፣ ስለቲ ኮሉ ዝገበሮ ድማ ብስም ጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር አብ ኣመስግኑ። መዝ. 33(32)፡2-3። ቁላ. 3፡16 ።
፲፫ ወአትሕቱ ርእሰክሙ ለቢጾክሙ በፍርሃተ እግዚአብሔር ወአንስትኒ ይትአዘዛ ለአምታቲሆን ከመ ዘለእግዚእነ እስመ ብእሲ ርእሳ ለብእሲት	13. ንብጾትኩም ከኣ ብፍርሃት እግዚኣብሔር ርእሰኹም ኣትሕቱ፣ እተን ኣንስቲ ውን ከም ንጐይታና ጌረን ንሰብኡተን ይተኣዘዛ፣ ከመይ ከምቲ

ስምዓት ም፡ ያቆጌ	ስምዓት ም፡ 126
ከመ ክርስቶስ ርእሳ ለቤተ ክርስቲያን ወመድኅነ ሥጋሃ ውእቱ ከመ ቤተ ክርስቲያን ትትኤዘዝ ለክርስቶስ ከማሁ አንስትኒ ይትአዘዛ በኵሉ ዕደውኒ ያፍቅሩ አንስቲያሆሙ ከመ ክርስቶስ አፍቀራ ለቤተ ክርስቲያን ወመጠወ ርእሶ በእንቲአሃ ከመ ይቀድሳ ወያንጽሓ በጥምቀተ ማይ በቃሉ ወከመ ይረሲያ ክብርተ ወያዕርጉ ሎቱ ስብሐተ ከመ ኢይርከብ በላዕሌሆሙ ርስሐተ ወጥልቀተ ዘከመዝ ከመ ትኩን ንጽሕተ ወቅድስተ። ዘፍ ፫፡፲፮። ፩ጴጥ ፫፡፩ ። ቁላ ፫፡፲፰።	ክርስቶስ ርእሲ (ጕይታ) ቤተ ክርስቲያንን ናይታ ሥጋኡ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን መድኅንን ዝኾነ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቲ እዩ፣ ከምቲ ቤተ ክርስቲያን ንክርስቶስ እትእዘዞ ከምኡ ድማ ኣንስቲ ንሰብኡተን ብኵሉ ነገር ይተኣዘዛ ። እቶም ሰብኡት ውን፣ ከምቲ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያን ብምሕጻብ ማይን ብቃሉን ምእንቲ ከንጽሓን ክቕድሳን፣ ከምኡ ውን ምስጋና ንኸቕርቡሉ ርኽሰት ኮነ ዕጣርን ነዚ ዝመስልን ንከይርከቦም፣ ክብርቲ ምእንቲ ክንብራ ቅድስትን ንጽሕትን ንኽትከውን፣ ስሌኣ ንገዛእ ርእሱ ብምሃብ ንቤተ ክርስቲያን ዘፍቀራ፣ ነንሱቶም የፍቅሩ። ዘፍ. 3፡16። 1ይ ጴጥ. 3፡1 ። ቁላ. 3፡18።
፲፬ ከማሁ ዕደውኒ ያፍቅሩ አንስቲያሆሙ ከመ ነፍሶሙ ዘአፍቀረ ብእሲቶ ርእሶ አፍቀረ ወአልቦ ዘይክል ጸሊአ ሥጋሁ ግሙራ አላ ሴሰዮ ወተማኅፀኑ በከመ ክርስቶስ ለቤተ ክርስቲያን እስመ አባለ ሥጋሁ ንሕነ ወበእንተዝ የኀድግ ብእሲ አባሁ ወእሞ ወይተልዋ ለብእሲቱ ወይከውኑ ክልኤሆሙ አሐደ ሥጋ ዓቢይ ምሥጢር ውእቱ ዝ ነገር ወእንሰ እብሎ ላዕለ ክርስቶስ ወላዕለ ቤተ ክርስቲያኑ ወባሕቱ አንትሙኒ ከማሁ ኮልክሙ አፍቅሩ አንስቲ ያክሙ ውብእሲትኒ ከማሁ ትፍርሆ ለምታ ። ዘፍ ፪፡፳፬ ። ማቴ ፲፱፡፭ ። ፩ቆሮ ፯፡፲፩ ።	14. ከምኡ ኸኣ እቶም ሰብኡት ነንሱቶም ከም ሰብነቶም ጌሮም የፍቅሩ፣ እቲ ንሰበይቱ ዘፍቅር ንርእሱ እዩ ዘፍቅር። ንሥጋኡ ዝጸልእ ኩቦ የልቦን፣ እኳ ደኣ ከምቲ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያን ዝሓለዋ መግብዎን ተኸናኸንዎን። ንሕና ኣካላት ሰብኡቱ ኢና። ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ንኣደኡን ኃዲጉ ንሰበይቱ ይስዕብ፡ ክልቲኦም ከኣ ሓደ ኣካል ይኾኑ፣ እዚ ነገርዚ ዓሚቹ ምሥጢር እዩ። ኣነ ውን ብክርስቶስን ብቤተ ክርስቲያንን ምሳሌ ጌረ እዛረብ ኣሎኹ፣ እምበኣር ንስኻትኩም ከኣ ኮልኹም ከም ነፍስኹም ጌርኩም ነንስትኹም ኣፍቅሩ፡ ሰበይቲ ውን ንሰብኣያ ትፍርሃዮ ። ዘፍ. 2፡24 ። ማቴ. 19፡5 ። 1ይ ቆሮ. 7፡15 ።
፲፭ ወውሉድኒ ተአዘዙ ለአዝማዲክሙ በእግዚእነ እስመ ጽድቅ ውእቱ ዝንቱ ወቀዳሚ ትእዛዝ ዘአሰፈወ በውስተ ኦሪት አክብር አባከ ወእመክ ከመ ይኩንክ ጽድቀ ወሠናየ ወይኑኅ መዋዕሊክ በዲበ ምድር አበውኒ ኢታስተቀጥዉ ውሉደክሙ ሕፅኑ በተግሣጸ እግዚአብሔር ወበአእምሮ። ዘፀአ ፳፡፲፪ ። ቁላ ፫፡፳ ። መዝ ፹፯(፹፯)፡፬ ።	15. ኣቱም ውሉድ ውን ግቡእ እዩ እሞ ብትእዛዝ ጐይታና ነቦኹምን ነዴኹምን ተኣዘዙ ። እቲ ኣብ ኦሪት ‘ ምእንቲ ክቑንዓካ ኣብ ምድሪ ውን ዕድሜኻ ምእንቲ ክነውሕ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ’ ዝብል ተሰፋ ዝኃዘ ትእዛዝ ዓቢይ እዩ። ኣቱም ኣቦታት ውን ብፍርሃትን ፍልጠትን እግዚኣብሔር ደኣ ቀጺዕኩም ኣዕብይዎም እምበር ኣይተኹሮይዎም። ዘፀአ. 20፡12 ። ቁላ. 3፡1 ። መዝ. 78 (77)፡4 ።
፲፮ ነባሪኒ ተአዘዙ ለኢጋእዝቲክሙ እለ ይኴንኑክሙ ሥጋክሙ በፍርሀት ወበረዓድ ወበልብ ሰፋሕ ከመ ዘለክርስቶስ ወአኮ ከመ ዘያደሉ ለዓይነ ሰብእ ከመ አግብርተ ክርስቶስ እንዘ ትገብሩ ፈቃዶ ለእግዚአብሔር በኵሉ ነፍስክሙ በሕሊና ሠናይ ከመ ዘለእግዚአብሔር ትትቀነዩ ወአኮ ከመ ዘለሰብእ ተአምሩ ከመ ኵሉ ዘገብረ ሠናየ ይትዓሠይ በኀበ እግዚአብሔር እመኒ ነባሪ ወእመኒ አግዓዚ ወኢጋዕዝትኒ ዕሩየ ግበሩ ሎሙ እንዘ ታቁርሩ መዓተክሙ ወተጎድጉ ሎሙ	16. ኣቱም ግዙኣት፣ ነቶም ብሥጋ ዝገዝእኹም ጐይቶትኩም፡ ብፍርሃትን ብረዓድን ብሰፊሕ ልብን ከም ንክርስቶስ ጌርኩም ተኣዘዝዎም። ከም ኣገልገልቲ ክርስቶስ ነቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር ብፍጹም ሰብነትኩም ብቕኑዕ ሕልና እናፈጸምኩም እምበር ንገጽ ርኢ ንይምሰል ኣይትግበሩ። ግዙእ ኮነ ጐይታ ሠናይ ዝገበረ ካብ እግዚኣብሔር ዓስቡ ከምዝቕበል ፈሊዋኩም፣ ንሰብ ዘይኮነስ ከም ንእግዚኣብሔር ጌርኩም ብፍታው ተገዝኡ። ኣቱም ጐይቶት ውን ኣብ ሰማይ ገጽ ርእዩ ዘየዳሉ ጐይታ

ስምዓት ም፡ ፻፶፯ ፡ ፻፶፯

አበሳሀሥሙ ተአምሩ ከመ ለክሙ እግዚእ በሰማያት ዘኢያደሉ ለገጽ ። ቲቶ ፪፡፱ ። ፩ጴጥ ፪፡፲፰ ። ፪ቆሮ ፭፡፲ ። ቈላ ፬፡፩ ።

፲፯ አኃዊነ ጽንዑ በእግዚአብሔር ወበጽንዐ ኃይሉ ወልበሱ ወልታ እግዚአብሔር በዘትክሉ ተቃውሞቶ ለመናግንተ ሰይጣን እስመ ቀትልክሙኒ ኢኮነ ምስለ ዘሥጋ ወደም ዘእንበለ መኳንንት እለ ይመልኩ ዓለመ ጽልመት ወአጋንንት መናፍስት ርኩሳን መትሕተ ሰማይ ወበእንተዝ ንሥኡ ንዋየ ሐቅሉ ለእግዚአብሔር ከመ ትክሀሉ ተቃውሞታ ለዕለት እኪት ወከመ ትክሀሉ ኮሎ ገቢረ ወቁሙ እንከ ቀኒተክሙ ሐቁክሙ በጽድቅ ወልበሱ ወልታ ሓፂን ተሰጊነክሙ ኃይለ ወንጌል ዘበሰላም ። ሉቃ ፲፪፡ ፴፭ ። ፩ጴጥ ፩፡፲፫ ። ኢሳ ፶፱፡፲፪ ።

፲፰ ወምስለዝ ኮሉ ንሥኡ ንዋየ ሐቅል ዘሃይማኖት በእደዊክሙ በዘትክሉ አጥፍኦተ ኮሉ አሕጻሀ ለእኩይ ርሱን ወንሥኡ ጌራ መድኃኒትክሙ ወሰይፈ ዘመንፈስ ቅዱስ ዘውእቱ ቃለ እግዚአ ብሔር በኮሉ ጸሎት ወሰእለት እንዘ ትጼልዩ በኮሉ ጊዜ በመንፈስ ቅዱስ ወምስሌሁ ትግሁ ወተጸመዱ በጸሎት በእንተ ኮሉ ቅዱሳን ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፶፯ ክፍል ፩

፩ እመጽሐፈ ያዕቆብ ሐዋርያ እጉሁ ለእግዚእነ እምአይቴ ለክሙ ፀብዕ ወቀትል አኮኑ እምዝየ እምአፍቅሮ ዝሙት ዘይትገበር እምውስተ አንጕዕክሙ ትፈትዉሂ ወኢትረክቡ ትትቃተሉሂ ወትትቃንኡሂ ወኢትክሉ ረኪበ ። ያዕ ፬፡፩-፲፯ ፣ ፭፡፩-፳ ።

፪ ትትበአሱሂ ወትጻብኡሂ ወኢትረክቡ እስመ ኢትሰእሉ ።

፫ ትሰእሉሂ ወኢይሁቡክሙ እስመ ለእኩይ ትሰእሉ ለዝሙትክሙ ከመ ተሀቡ ። መዝ ፻፫(፻፪)፡፴፪ ።

፬ አ ዘማውያን ኢተአምሩኑ ከመ ፍቁሩ ለዝዓለም ጸላኢሁ ውእቱ ለእግዚአብሔር እስመ ዘአፍቀሮ ወዘአብደሮ ለዝዓለም ጸላዒሁ ለእግዚአብሔር ይከውን። ፩ዮሐ ፪፡፲፭ ። ሮሜ ፰፡፯ ።

ስምዓት ም፡ 126 ፡ 127

ከምዘሎኹም ትፈልጡ ኢኹም እሞ ቍጥዓኹም ኃዲግኩም ንዝበደሉኹም ውን ይቕረ እናበልኩም ልክዕ ከምኡ ግበሩሎም ። ቲቶ 2፡9 ። 1ይ ጴጥ. 2፡18 ። 2ይ ቆሮ. 5፡8 ። ቈላ. 4፡1 ።

17. እምበኣር ኣኀዋትና፣ ብእግዚኣብሔር ኣሚንኩም ብረድኤት ኃይሉ ጽንዑ፣ ንተንኪል ሰይጣን ተቓዊምኩም ምእንቲ ኽትክእሉ ዋልታ እግዚኣብሔር ልበሱ፣ ከመይ ቅልስኩም ምሱቶም ንዓለመ ጽልመት ዝገዝኡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘለዉ ርኹሳን መናፍስቲ ኣጋንንቲ እዩ እምበር ምስ ሥጋን ደምን ኣይኮነን። እምበኣር ኣፅዋር እግዚኣብሔር ኃዙ። ነታ ክፍእቲ መዓልቲ ተቓዊምኩም ምእንቲ ኽትክእሉን ንኾሉ ክትሰዕሩን ብኾሉ ዝተዳለኹም ኩኑ። ሕቑኹም ዝናር ጽድቂ ተዓጠቕኩም፡ ፡ ድርዒ ጽድቂ ተኽደኑ፡ ንኃይሊ እቲ ፍቕሪ ዝዛረብ ወንጌል ውን ከም ኣሣእን ብምእታው ደው በሉ ። ሉቃ. 12፡35 ። 1ይ ጴጥ. 1፡13 ። ኢሳ. 59፡12 ።

18. ምስናይ እዚ ኮሉ ኽኣ ኑቲ ናይቲ ክፉእ ሃልሃል ዝብል ፍላጻታት ሰይጣን ክተጥፍእሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ዘድኅነኩም ቆብዕ ሓፂን ኣብ ርእስኩም ድፍኡ፣ ኣብ ኢድኩም ውን ናይ መንፈስ ቅዱስ ሰይፊ ማለት ቃል እግዚኣብሔር ኃዙ ። ብኮሉ ጸሎትን ልመናን ክትጽልዩ ከሎኹም ኮሉ ጊዜ ብልብኹም ትግሁ። ስለ ኮሎም ቅዱሳን (ምእመናን) ውን ብጸሎት ተጸመዱ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 127 ክፍሊ 1

1. ኃው ጉይታና ሓዋርያ ያዕቆብ ካብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ፥ “ እቲ ባእሰን ክርክርን ካበይ ድዩ መጺኩም፧ ኩብቲ ብውሽዋኹም ዝፍጸም ፍትውት ዝሙት ዝተላዕለዶ ኣይኮነን፧ ትምነዩ ግና ኽ ዝደለኽሞ ኣይትረኽቡን፣ ትቃንኡን ትቃተሉን በዚ ኽኣ ሓንቲ እኳ ኣይትረኽቡን ። ያዕ. 4፡1-17 ፣ 5፡1-20 ።

2. ትበኣሱን ትዋግኡን፣ ስለዘይትልምኑ ዝደሌኹምዎ ኣይትረኽቡን ።

3. ሰብነትኩም ንዝሙት ምእንቲ ክትህቡ ብክፋእ ስለእትልምኑ፡ ዋላ እንተለመንኩም ኣይወሃበኩምን ። መዝ. 13(12)፡42 ።

4. ኣቱም ዘማውያን! እቲ ነዚ ዓለምዚ ዘፈቱን ዝመርጽን ጸላኢ እግዚኣብሔር እዩ ዝኾውን እሞ ነዚ ዓለምዚ ምፍቃር ንእግዚኣብሔር ምጽላእ ከምዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 1ይ ዮሓ. 2፡15።ሮሜ 8፡7።

ስምዓት ም፥ የኛ፯	ስምዓት ም፥ 127 ም፥ 128
፭ ወሚመ ይመስለክሙኑ ዘሐሰተ ይብል መጽሐፍ በእንተ ተቃንአ ከመ እንተ ተዐቢ ሞገሰ የሀብክሙ እግዚእነ ።	5. ወይሲ እቲ ብዛዕባ ቅንኢ፥ 'ጉይታና ነታ ዓባይ ጸጋ ምእንቲ ኽህበኩም ' ዝብል ቃል መጽሓፍዶ ሓሶት ይመስለኩም፧
፮ በእንተዝ ይቤ ለዕቡያን ያጎሥሮሙ ወለእለሰ ያቴሕቱ ርእሶሙ ይሁቦሙ ሞገሰ። ኢዮ ፳፪፥፳፱። ማቴ ፳፫፥፲፪ ።	6. ስለዚ ድማ 'እግዚኣብሔር ንዕቡያት የዋርዶም፥ ንትሑታት ግና የኽብሮም' በለ ። ኢዮ. 22፡29። ማቴ. 23፡12 ።
፯ ኦሆ በልዎ ለእግዚኣብሔር ወእንብየ በልዎ ለጋኔን ወይጉይይ እምኔክሙ ። ኤፌ ፭፥፲፪ ።	7. ንእግዚኣብሔር ሕራይ በልዎ፥ ንጋኔን ግና እምቢ በልዎ እሞ ካባኻትኩም ክሃድዎ እዩ። ኤፌ. 7፡12 ።
፰ ቅረብዎ ለእግዚኣብሔር ወይቀርበክሙ አንጽሑ ልበክሙ ኃጥኣን ወአንጽሑ እደዊክሙ እለ ትናፍቁ ። ዘካ ፩፥፫ ። ኢሳ ፩፥፲፮ ።	8. ንእግዚኣብሔር ቅረብዎ ንሱ ውን ክቕርበኩም እዩ፣ ኣቱም ኃጥኣን! ኣእዳውኩም ካብ ምቕታል፥ ልብኹም ድማ ካብ በደል ኣንጽሑ። ኣቱም እትጠራጠሩ ውን እመኑ ። ዘካ. 1፡3 ። ኢሳ. 1፡16።
፱ ግሃዩ ወላህዉ ውበክዩ ወለሰሐቅክሙኒ ሚጥዎ ውስተ ላህ ወለትፍሥሕትክሙኒ ውስተ ትካዝ አግበእዎ ።	9. ኃዘኑን ጕሃዩን ብኽዩን። ሰሓቕኩም ናብ ብኽያት፥ ሓጕስኩም ከኣ ናብ ኃዘን ይለወጥ ።
፲ አትሕቱ ርእሰክሙ ወያሌዕለክሙ እግዚኣብሔር። ፩ጴጥ ፭፥፮ ።	10. ርእስኹም ኣዋርዱ፥ እግዚኣብሔር ድማ ከኽብረኩም እዩ። 1ይ ጴጥ. 5፡6 ።
፲፩ ወኢትትሐመዩ በበይናቲክሙ አኃዊነ እስመ ዘሐመዮ ለካልኡ ሐመዮ ለሕገ እግዚኣብሔር ወእመሰ ሕጎ ትግዕዝ ኢኮንከ ገባሬ ሕግ ወኮንከ አንተ ገዓዚሃ ለሕግ።መዝ ፲፭(፲፬)፥፫። ፩ጴጥ ፪፥፩።	11. ኣቱም ኣኀዋትና! ንሓድሕድኩም ኣይትነቓቐፋ፣ ከመይ እቲ ንኃዉ ዝነቅፍ ንሕጊ እግዚኣብሔር እዩ ዝነቕፍ። ነቲ ሕጉ እንተነቐፍካ መፍረዲ ሕጊ እምበር ፈጻሚ ሕጊ ኣይኮንካን። መዝ. 15(14)፡3 ። 1ይ ጴጥ. 2፡1 ።
፲፪ እስመ ፩ዱ ውእቱ ወሀቢሃ ለሕግ ወመኰንና ለሕግ ዘውእቱ ይክል አማስኖሂ ወአድኀኖሂ አንተኬ ምንትኑ ዘትግዕዝ ቢጸከ ወዘተሐምዮ ለካልእከ ። ማቴ ፯፥፩ ።	12. እቲ ኬድጎንን ኬጥፍእን ዝኽእል ሓጋጊ ሕግን ኣብ መፍረዲ ሕጊ ዝፈርድን ሓደ ንሱ እዩ፣ እሞኽ ንስኻ ደኣ ንኃውኻ እትነቅፍን ንፈታዊኻ እትሓምን እንታዋይ ኢኻ ፧ ማቴ. 7፡1 ።
፲፫ ከመ እለ ይብሉ ዮም አው ጌሠመ ነሐውር ውስተ እንታኽቲ ሀገር ወንነብር ውስቴታ ኀዳጠ ዓመተ ወንትጌበር ውስቴታ ወንረብሕ ወኢየአምሩ ዘይከውን ጌሠመ ።	13. ከምቶም 'ሎሚ ወይ ጽባሕ ናብታ ዓዲ እቲኣ ኽንከይድ ኢና፣ ኣብኣ ውን ውሑድ ዓመት ክንነብር ኢና፣ ክንሠርሕን ክንረብሕን ኢና' ዝብሉ ሰባት፣ ጽባሕ እንታይ ከምዝኸውን ኣይፈልጡን እዮም።
፲፬ ምንትኑመ ሕይወትክሙ አኮኑ ከመ ጢስ ዘለምዕር ያስተርኢ ወእምዝ ይማስን ።	14. ሕይወትኩም እንታይ እዩ ፧ ሓንሳእ ተራእዩ ደኃር ዝበንን ትኪዶ ኣይኮንኩምን ፧
፲፭ ዘእምትቤሉ እመ ሠምረ እግዚኣብሔር ወሐየውነ ንገብር ዘንተ አው ዝክተ ።	15. ኣብ ክንዲ 'እግዚኣብሔር እንተፈቐድዎ፥ ብሕይወት እንተሎና እዚ ወይ እቲ ክንገብር ኢና' እትብሉ፥
፲፮ ወይእዜሰ ትትሜክሑ በምግባረክሙ ኵላ ትምክሕት እንተ ከመዝ እኪት ይእቲ ።	16. ሎሚ ብሥራሕኩም ትምክሑ ኣሎኹም፣ ግናኸ ከምዚ ዝበለት ትምክሕቲ ኵላ ክፍእቲ እያ ።
፲፯ ወዘሰ የአምር ገቢረ ሠናይት ወኢይገብራ ኃጢአተ ትከውኖ ። ሉቃ ፲፪፥፵፯ ።	17. እቲ ሠናይ ምግባር ዝፈልጥ ግና ዘይገብራ ንኣኡ ኃጢኣት ትኾኖ ። ሉቃ. 12፡40 ።

ስምዓት ም፡ ፻፳፯	ስምዓት ም፡ 127
፲፰ ንዑ ይእዜኒ አብዕልት ብክዩ እንዘ ትግዕሩ ላዕለ ሕርትምናክሙ እንተ ሀለወት ትምጻእክሙ ።	18. ሕጂ ኸኣ ኣቱም ሃብታማት! ንዑ በታ ትመጸኩም ዘላ መከራ ዋይ! ዋይ! እናበልኩም ብኸዩ ።
፲፱ ብዕልክሙኒ ነቅዘ ወአልባሲክሙኒ ቁንቁነ ወርቅክሙኒ ውብሩርክሙኒ ዝሕለ ወዛሕሉኒ ይዛለፈክሙ ወስምዐ ይከውን በላዕሌክሙ ወይበልያ ለሥጋክሙ ከመ እሳት በእንተ ዘገበርክሙ ለደኃሪ መዋዕል ።	19. ሃብትኹም መሸሚሹ፡ ክዳውንትኹም ውን ብልዒ በሊዕዎ፣ ወርቅኹምንን ብሩርኩምን መራቱ። እቲ ምምራቱ ኸኣ ከዋርደኩም እዩ፣ ምስክር ውን ክኾነኩም እዩ፣ ንዳኅራይ ዘመን ኢልኩም ስለዝኣኩብኩምዎ ንሥጋኹም ከም ሓዊ ኪበልያ እዩ።
፳ ናሁ ዓስቦሙ ለገባር ለእለ ሐረስዋ ለምድርክሙ ወሄድክምዎሙ የዐወይዉ ወገዓሮሙ ለዐፀድ ቦአ ውስተ ዕዘኒሁ ለእግዚአብሔር ጸባኦት ወበጽሐ ። ዘዳግ ፳፬፡፲፬-፲፭ ።	20. እንሆ እቲ ንስኻትኩም ዝገደብኩምዎም ውዕለት እቶም ግርሁኹም ዝሓረሱ ዓየይቲ የእዊ ኣሎ። ኣውያት እቶም ዓጻዶ ድማ ኣብ ዕዝኒ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት በጺሑስ ተሰሚዑ ኣሎ። ዘዳ. 24፡ 14-15 ።
፳፩ ፈጋዕክሙ ላዕለ ምድር ወአስተትክሙ ወተደለውክሙ ወአስባሕክሙ ልበክሙ ከመ ዘያስብሕ ላህመ ለዕለተ ጥብሐት ።	21. ኣብ ምድሪ ሓንቀቕኩም፡ ሥርዓት ኣጕደልኩም፡ ተድላ ደስ ገበርኩም፡ ከምቲ ሰብ ነታ እትሕረደላ መዓልቲ ንላም ዘስብሕ ንስኻትኩም ድማ ንልብኹም ኣስባሕኩም ።
፳፪ ወተዐደውክሙ ወቀተልክምዎ ለጻድቅ ዘእንበለ ይትቃወምክሙ ወአሆ ይብለክሙ ተዐገሡ እንከ አኃዊነ እስከ ደኃሪት ዕለት አመ ይመጽእ እግዚእክሙ ከመ ሐረሳዊ ይጸንሕ ፍሬሃ ለምድር ክብርት ወይትዔገሣ ሠርከ ወነግሀ እስከ ትሰዊ ወትፈሪ ወትትዐጸድ ።	22. ከይተጻረረኩም ኑቲ ጻድቕ ፈረድክምዎን ቀተልክምዎን። እምበኣር ኣኀዋትና! ክሳዕ መዓልቲ ምጽኣት ጐይታኹም ተዓገሡ፣ ከምቲ ሓረስታይ ኑቲ ክቡር ፍረ ምድሪ ክሳዕ ትሰውትን ትፈርን ትዕፀድን ተዓጊሡ ንግሆን ምሸትን ዝጽበ እዩ ።
፳፫ ተዐገሡኬ አንትሙኒ ወአጽንዑ ልበክሙ እስመ ቀርበት ምጽኣቱ ለእግዚእክሙ ከመ ትትፈሥሑ ወኢትግዐሩ አኃዊነ ዲበ ቢጽክሙ ከመ ኢትትኰነኑ እስመ ናሁ መኰንን ጎበ መድረክ ኖኅትክሙ በጽሐ ወይጸንሕ ።	23. ንስኻትኩም ውን ምእንቲ ክትሕጉሱ ጐይታኹም ዝመጸላ መዓልቲ ቀሪባ እያ እሞ ተዓገሡ፡ ልብኹም ውን ኣጽንዑ። ኣቱም ኣኀዋትና! ከይትፍረዱ ኣብ ልዕሊ ብጾትኩም ኣይተጕረምርሙ፣ እንሆ እቲ ፈራዲ ኣብ ኣፈፋትኩም ቀይሙ ይጽበየኩም ኣሎ ።
፳፬ አርአያሃሰ ለትዕግሥትክሙ ብክሙ ነቢያት እለ ተነበዩ ወተናገሩ በቃሉ ለእግዚአብሔር ናሁ ናስተብጽዖሙ ለእለ ተዐገሡ ሰማዕክሙ እንከ ትዕግሥቶ ለኢዮብ ዘገብረ ወፈጸመ ሎቱ እግዚአብሔር ወርኢክሙ ከመ ብዙኅ ምሕረቱ ለእግዚአብሔር ወመስተሣህል ውእቱ ።	24. ኣቱም ኣኀዋትና! ብዛዕባ ኣብ መከራኹም ምዕጋሥ ከኣ ኣርኣያ ዝኾኑ እቶም ብእግዚኣብሔር ተኣዚዞም ትንቢት ዝተዛረቡ ነቢያት ኣለዉኹም። እንሆ ኑቶም ዝተዓገሡ ‘ብዑዓን ኢዮም’ ንብሎም ኣሎና። ብዛዕባ ትዕግሥት ኢዮብ ሰሚዕኩም ኣለኹም፣ ኑቲ እግዚኣብሔር ዝገበረሉን ዝፍጸመሉን ርኢኹም ኣሎኹም፣ ከመይ እግዚኣብሔር ለውሃቱ ዝበዝኑ ይቕረ በሃላይ እዩ ።
፳፭ ወእምኮሉሰ ዘይቀድም አኃዊነ ኢትምሐሉ ኢበሰማይ ወኢበምድር ወኢበካልእ መሐላ ወኢበዘኮነ መሐላ ግሙራ ወኢበምንትኒ አላ ፭ደ ይኩን ቃልክሙ እመሂ እወ እወ ወእመኒ አልቦ አልቦ ከመ ኢትትኰነኑ ወኢትባእ ውስተ ደይን።	25. ቅድሚ ኵሉ ኸኣ ኣቱም ኣኀዋትና! ኣይትምሓሉ። ብሰማይ ኮነ ብምድሪ ወይ ብካልእ ኩቶ ኣይትምሓሉ፣ ተፈሪድኩም ናብ ገሃነም ንከይትኣትዉ ድማ እቲ እወኹም እወ እንተኾይኑ እወ፡ ኣይኮነን እንተኾይኑ ከኣ ኣይኮነን ይኹን።

ስምዓት ም፥ ፻፯፯ ፡ ፻፯፯

፻፮ እመቦ ዘይቴክዝ ለይጸሊ ወእመቦ ዘይትፈሣሕ ለይዘምር ወእመቦ ዘይደዊ ለይጸውዕ ቀሳውስተ እለ ቤተ ክርስቲያን ወይጼልዩ ላዕሌሁ ቀቢያሙ ቅብዐ ጸሎት በስሙ ለእግዚእነ ።

፻፯ ወጸሎተ ሃይማኖት ያሐይዎ ለድዉይ ወያነሥኦ እግዚአብሔር ወእመኒ ቦቱ ኃጢአት ይትጎደግ ሎቱ ።

፻፰ ተአመኑ በበይናቲክሙ ኃጢአተክሙ ወጸልዩ ላዕለ ቢጸክሙ ከመ ትሕየዉ ብዙኅ ትረድእ ጸሎተ ጻድቅ ትክል ወታሠልጥ ።

፻፱ ኤልያስ ዘከማነ ሰብእ ውእቱ ወዘከመ ነሐምም የሐምም ወጸሎተ ጸለየ ከመ ኢይዝንም ዝናም ዲበ ምድር ወኢዘንመ ፫ተ ዓመተ ወ፮ተ አውራኅ ። ፩ነገ ፲፯፡፩ ። ሉቃ ፬፡፳፭ ።

፻ ወካዕበ ጸለየ ከመ ይዝንም ዝናም ወወሀበ ዝናሞ ሰማይ ወምድርኒ ወሀበት ፍሬሃ ። ፩ነገ ፲፰፡፵፪ ።

፻፩ አኀዊነ እመቦ ዘስሕተ እምፍኖተ ጽድቅ እምኔክሙ ወእመቦ ዘሚጦ እምጌጋዩ ሊያእምር እንከ ዘሚጦ ለኃጥእ ጊጉይ ሶበ ተሐጉለ እምፍኖተ ጽድቅ ከመ አድኅነ ነፍሶ እምነ ሞት ወከደኖን ለብዙኃት ኃጣውኢሁ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፳፰ ክፍል ፩

፩ እመጽሐፈ ግብሮሙ ለሐዋርያት ንጹሓን ወሀሎ ፩ዱ ብእሲ ዘሀገረ ቂሣርያ ዘስሙ ቆርኔሌዎስ ወሃበ ውእቱ ለሕዝበ ሠጢራ እንተ ይብልዋ ኢጣሊቁ ጻድቅ ወፈራሄ እግዚአብሔር ምስለ ኮሉ ሰብአ ቤቱ ወይገብር ምጽዋተ ብዙኅ ለሕዝብ ወይጼሊ ወትረ ኀበ እግዚአብሔር። ግብ. ሐዋ. ፲፡ ፩ - ። ዳን ፱፡፳፱ ።

፪ ወአስተርአየ መልአከ እግዚአብሔር ክሡተ ጊዜ ተሰዓት ሰዓት መዓልት ወቦአ ኀቤሁ ወይቤሎ ቆርኔሌዎስ ወነጸረ ወፈርሀ ወይቤሎ ምንተ ትብል እግዚኦ ወይቤሎ ጸሎትከ ወምጽዋትከ ዓርገ ቅድመ እግዚአብሔር ለተዝካርከ ወይእዜኒ ፈኑ ዕደወ ይጸውዕዎ ለከ ለስምዖን ጴጥሮስ ዘሀገረ ኢዮጴ ዘየኀድር ቤተ ስምዖን ሰፋዩ

ስምዓት ም፥ 127 ፡ 128

26. ዝኀዘነ እንተሎ ይጸሊ፣ ዝተሓጕሰ እንተሎ ኾኣ ይዘምር። ዝሓመመ እንተሎ ነቶም ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ ካህናት ይጸውዕ፡ ንሳቶም ድማ ይጸልይሉ፡ ነቲ ብስም ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጸለየሉ ዘይቲ ኾኣ ይቕብእዎ ።

27. እቲ ናይ እምነት ጸሎት ከኣ ነቲ ሕሙም ከሕውዮ እዩ፣ እግዚኣብሔር ውን ከተንሥኦ እዩ፣ ኃጢኣት እንተ ገይሩ ውን ኪሥረየሉ እዩ።

28. ነሓድሕድኩም ኃጢኣትኩም ተናዘዙ፣ ብሕይወት ንክትነብሩ ውን ስለ ብጾትኩም ጸልዩ። ጸሎት ጻድቕ ውን ኣዝያ ትረድእ እያ፣ ሓደ ነገር ክትፍጽም ውን ይከኣላ እዩ።

29. ኤልያስ ከማና ሰብ እዩ፡ ከም ንሕና ንሓምም ከምኡ ይሓምም እዩ፣ ዝናም ከይዘንም ጸለየ፡ ንሠለስተ ዓመትን ሸዱሸተ ወርኀን ከኣ ኣብ ምድሪ ዝናም ኣይዘነመን ። 1ይ ነገ. 17፡1 ። ሉቃ. 4፡25 ።

30. ከም ብሓድሽ ድማ ንክዘንም ጸለየ፡ ሰማይ ዝናሙ ሃበ ምድሪ ውን ፍሬኣ ሃበት ። 1ይ ነገ. 18፡42 ።

31. ኣቱም ኣኀዋትና! ሓደ ካባኻትኩም ካብ መንገዲ ሓቂ ዝዘንበለ እንተሎ፡ ሓደ ኾኣ ካብ ኃጢኣቱ እንተ መለሶ፡ እቲ ነቲ ካብ መንገዲ ጽድቂ ዝወጸ ኃጥእ ዝመለሶ ሰብ፡ ንነፍሱ ካብ ሞት ከምዝድኀንን ኃጢኣቱ ክሥረየሉ ከምዝገበረን ይፍለጥ። ”

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 128 ክፍሊ 1

1. ናይ ንጹሓን ሓዋርያት ሥራሕ ካብ ዝገልጽ መጽሓፍ ፥ “ ኣብ ቂሳርያ ሓደ ‘ቆርኔሌዎስ’ ዝተባህለ ኣብታ ‘ኢጣልያዊ ጭፍራ’ ዝብልዋ ክፍሊ ሠራዊት ሓለቓ ሚእቲ ዝኾነ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ምስ ኮሎም ስድራ ቤቱ ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ፡ ንሕዝቢ ውን ኣብዚኑ ዝምጽውትናን እግዚኣብሔር ከኣ ኮሉ ሳዕ ዝጸለ ጻድቕ ነበረ ። ዳን. 4፡29 ።

2. ብታስዓይ ሰዓት ናይ መዓልቲ ኾኣ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብግሁድ ተራእዩ፣ ናብኡ ኣትዩ ድማ ‘ቆርኔሌዎስ’ ኢሉ ጸውዮ፡ ንሱ ድማ ሰንቢዱ እናረኣዮ ‘ኦ ጕይታ እንታይ በልካ’ በሎ፣ እቲ መልኣኽ ከኣ ‘እቲ ጸሎትካን ምጽዋትካን ናብ ገጽ እግዚኣብሔር ንመዘኽርታ ዓሪጉ እዩ፡ ሕጂ ከኣ ሰባት ናብ ኢዮጴ ንስምዖን ጴጥሮስ ክጽውዕዎ ልኣኽ። ንሱ

ስምዓት ም፡ ፻፳፯	ስምዓት ም፡ 128
ዘመንገለ ባሕር ወውእቱ ይነግረከ ዘሀለወከ ትግበር ።	አብ ገምገም ባሕሪ ዘላ ቤት ናይ ስምያን ሰፋዩ ሰፊሩ አሎ። ንሱ ነቲ ኽትገብሮ ዘሎካ ክነግረካ እዩ' በሎ።
፫ ወኀሊፎ መልአክ ዘተናገሮ ወጸውዐ ፪ተ እምወዓልያኒሁ ወኀደ ሐራ ኄረ እምጸማዱ ወነገሮሙ ኮሎ ወለአኮሙ ሀገረ ኢዮጴ ።	3. እቲ ዝዛረቦ ዝነበረ መልኣኽ ምስ ከደ፡ ካብቶም ገላውኡ ክልተ፡ ካብቶም ዘይፍለይዎ ወተሃደራት ኽእ ሓደ ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘለዎ ጸውዐ እሞ ንዮጴ ነጊሩ ናብ ኢዮጴ ለኣኾም ።
፬ ወበሳኒታ እንዘ የሐውሩ በጽሑ ኢዮጴ ኀበ አንቀጸ ሀገር ወጴጥሮስኒ ዓርገ ናሕሰ ይጸሊ ጊዜ ቀትር እስመ ርኀበ ወፈቀደ ይምሳህ ወእንዘ ያስተዳልዉ ሎቱ መጽአ ላዕሌሁ ድንጋጼ ።	4. ንጽባሒቱ ከይዶም ኣብቲ መእተዊ ከተማ ኢዮጴ በጽሑ። ጴጥሮስ ድማ ኣብ ሻብዓይ ሰዓት ንኽጽሊ ናብ ናሕሲ ደይቡ ነበረ። ሸዑ ጠምዩ ኽበልዕ ደለየ፣ ክዳልውሉ ከለዉ ከኣ ተመስጦ መጸ ።
፭ ወርእየ ሰማየ ርኀወ ወይወርድ ከመ ዘሞጣሕት ዓቢይ ዲበ ምድር ወእጉዝ በ፬ቱ ጽንፈሁ ወቦ ውስቴቱ ኵሉ እንስሳ ወአርዌ ገዳም ወአዕዋፈ ሰማይ ወነበቦ ቃል ወይቤሎ ኦ ጴጥሮስ ተንሥእ ሕርድ ውብላዕ ።	5. ሰማይ ተኸፊቱ፡ ብኣርባዕተ መዓዝን ዝተታጎዘ ዓቢይ መጋረጃ ዝመስል ናብ ምድሪ ክወርድ ከሎ ርኣየ፡ ኣብኡ ድማ ኵሎም እንስሳታት ምድሪ፡ ኣራዊትን ዝንቀሳቀሱ ኣዕዋፍ ሰማይን ነበሩ፣ ሸዑ 'ኦ ጴጥሮስ ተንሥእ ሓሪድካ ብላዕ' ዝብል ቃል ናብኡ መጸ ።
፮ ወይቤሎ ጴጥሮስ ሐሰ ሊተ እግዚኦ ግሙራ ኢቦአ ርኩስ ውስተ አፋየ ወኢበላዕኩ ዘኢኮነ ንጹሐ ወነበቦ ዳግመ ወይቤሎ ዘእግዚአብሔር አስተናጽሐ አንተ ኢታስተራኵስ ።	6. ጴጥሮስ ድማ 'ኦ ጐይታ እዚ ፍጹም ኣይከውንን እዩ፡ ርኹስን ዘፈንፍን ኩዩ በሊዐ እኳ ኣይፈልጥን እየ' በለ። ካልኣይ ጊዜ ድማ 'ነቲ እግዚኣብሔር ዘንጽሖ ንስኻ ኣይተርኵሶ' ዝብል ቃል ናብኡ መጸ ።
፯ ወከመዝ ይቤሎ ሥልሰ ወኮሉ ተመይጠ ውስተ ሰማይ ወእንዘ ይሔሊ ጴጥሮስ ምንት ውእቱ ዘአስተርአየ ወበጽሑ ዕደው እለ ተፈነዉ እምኀበ ቆርኔሌዎስ ወቆሙ ኀበ ዴዴ ወሐተቱ ቤተ ስምዖን ወጸውዑ ለእመሁ ስምዖን ዘተሰምየ ጴጥሮስ በህየ የኃድር ።	7. እዚ ነገርዚ ሠለስተ ሳዕ ነገሮ፣ ብኡ ንብኡ ከኣ ኮሉ እቲ መጋረጃ ናብ ሰማይ ተመልሰ። ጴጥሮስ ድማ ብዛዕባ እቲ ዝረኣዮ ራእይ 'እንታይ ኮን ይኸውን' እናበለ ክሓስብ ከሎ፡ እንሆ ቆርኔሌዎስ ዝለኣኾም ሰባት ቤት ስምዖን እናሓተቱ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሎም ነበሩ። ጸዊዖም ድማ እቲ ጴጥሮስ ዝተባህለ ስምዖን ጋሻ ኾይኑ ኣብኡ እንተሎ ሓተቱ ።
፰ ወእንዘ ይሔሊ ጴጥሮስ በእንተ ዘአስተርአየ ይቤሎ መንፈስ ቅዱስ ናሁ ሠለስቱ ዕደው የኀሥሡከ ወተንሥእ ወረድ ወሑር ምስሌሆሙ እንዘ ኢትናፍቅ ወኢምንትኒ እስመ አነ ፈነውክዎሙ ።	8. ጴጥሮስ ድማ ብዛዕባ እቲ ዝረኣዮ ራእይ ከስተንትን ከሎ፡ መንፈስ ቅዱስ 'እንሆ ሠለስተ ሰባት ይደልዩኻ ኣለዉ ኣነ እየ ልኢኾዮም እሞ ተንሚእካ ውረድ ምስኦም ውን ከይተጠራጠርካ ኺድ' በሎ ።
፱ ወወረደ ጴጥሮስ ኀበ እሙንቱ ዕደው ወይቤሎሙ ነዋ አነ ዘተኀሥሡኒ ለምንት መጻእክሙ ወይቤልዎ እሙንቱ ቆርኔሌዎስ ሀቢ ብእሲ ጻድቅ ወፈራሄ እግዚአብሔር ወየአምርዎ ኵሉ ሕዝበ አይሁድ ወአስተርአየ መልአክ ቅዱስ ወይቤሎ ከመ ይጸውዕከ ውስተ ቤቱ ወይሰማዕከ ዘትነግሮ ።	9. ጴጥሮስ ድማ ናብቶም ሰባት ወሪዱ፡ 'እንሆ እትደልዩኒ ዘሎኹም ኣነ እየ፡ ስለምንታ መጺኹም፧' በሎም። ንሳቶም ድማ 'ቆርኔሌዎስ እቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ ጻድቕ ሰብ፡ ሕዝቢ ኣይሁድ ውን ዝፈልጥዎ ንሱ ናብ ቤቱ ኽጽውዓካን እትነግሮ ኮሉ ክሰምዓካን ቅዱስ መልኣኽ ተገሊጹ ኣዚዝዎ ኣሎ' በልዎ ።

ስምዓት ም፥ ፻፳፰	ስምዓት ም፥ 128
፲ ወጸውዖሙ ወአጎደሮሙ ውስተ ቤቱ ወበሳኒታ ሖረ ምስሌሆሙ ወቦ እምቢጸሙ እምሀገረ ኢዮጴ እለ ሖሩ ምስሌሆሙ ወበሳኒታ ቦአ ሀገረ ቂሣርያ ወሀለው ቆርኔሌዎስ ይጸንሖሙ ወጸውዐ አዝማዲሁ ወማኅፈሮ ።	10. ተቐቢሉ፡ ኣብ ቤቱ ኣጎደሮም። ንጽባሒቱ ድማ ጴጥሮስ ምስኦም ከደ። ካብ ኢዮጴ ኸኣ ብዙኃት ኣኀዋት ምስኦም ዝኸዱ ነበሩ። ንጽባሒቱ ድማ ናብ ቂሳርያ ኣተዉ፣ ቆርኔሌዎስ ከኣ ኑቶም ኣዝማዱን ቀረባ ፈተውቱን ኮሎም ኣኪቡ ይጽበዮም ነበረ ።
፲፩ ወቦአ ጴጥሮስ ወተቀበሎ ቆርኔሌዎስ ወሰገደ ታሕተ እገሪሁ ወአንሥኦ ጴጥሮስ ወይቤሎ ተንሥእ ወአነሂ ከማከ ሰብእ ።	11. ጴጥሮስ ክኣቱ ከሎ ኸኣ ቆርኔሌዎስ ተቐበሎ፣ ኣብ እግሩ ተደፊኡ ውን ሰገደሉ፣ ጴጥሮስ ግና ‘ተንሥእ፡ ኣነ ውን ከማኻ ሰብ እየ’ እናበለ ኣተንሥኦ ።
፲፪ ወቦአ እንዘ ይትናገሩ ወረከበ ብዙኃነ ሰብአ እለ ይመጽኡ ወይቤሎሙ ጴጥሮስ ለሊክሙ ተአምሩ ከመ ኢይከውኖ ለፅዱ ብእሲ ለአይሁዳዊ ከመ ይሑር ወይባእ ኀበ ካልእ ሕዝብ ።	12. እናተዘራረቡ ድማ ኣተዉ። ኣብኡ ኸኣ ብዙኃት ሰባት ተኣኪቦም ረኸቡ፣ ጴጥሮስ ድማ ከምዚ በሎም፦ ‘ ንሓደ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ምስ ካልኣ ሕዝቢ ክጽምበርን ናብ ቤቶም ክኣቱን ከምዘይግብኦ ንስኻትኩም ውን ትፈልጡ ኢኹም።
፲፫ ወሊተሰ አርአየኒ እግዚአብሔር ከመ ኢያስተራኵሶ ለሰብእ ወኢምንተኒ ለመኑሂ ወይእዜኒ ኢናፍቅየ መጻእኩ ኀቤክሙ በዘለአክሙ ሊተ እስኩ አይድዑኒ ምንት ውእቱ ነገሩ በዘጸዋዕክሙኒ ።	13. ንኣይ ግና ንሓደ ሰብ እኳ ከይጽየፍ ወይ ‘ርኹስ እዩ’ ከይብል እግዚኣብሔር ኣርእዩኒ እዩ፣ ስለዚ ድማ ምስ ጸዋዕክሙኒ ሰንጥ ከይበልኩ መጻእኩ፣ እሞ ሕጂ ብዛዕባ እንታይ ኢኹም ዝጸዋዕኩምኒ ንገሩኒ፤ በሎም።
፲፬ ወይቤሎ ቆርኔሌዎስ ረቡዕ ዮም እንዘ እጼሊ ጊዜ ተሰዓት ሰዓት በቤትየ አስተርአየኒ ብእሲ ይቀውም ቅድሜየ ወይለብሰ ብርሃነ ወይቤለኒ ቆርኔሌዎስ ጸሎትከ ወምጽዋትከ ተሰምዐ ቅድመ እግዚአብሔር ለተዝካርከ ወይእዜኒ ለአክ ሀገረ ኢዮጴ ወይጸውዕዎ ለከ ለሰምዖን ዘተሰምየ ጴጥሮስ ዘየኀድር ቤተ ሰምዖን ሰፋዩ ዘመንገለ ባሕር ወይነግረከ ነገረ በዘተሐዩ ወሶቤሃ በእንቲአሁ ለአኩ ኀቤከ ሠናየ ገበርከ ዘመጻእከ ወይእዜኒ ናሁ ኵልነ ሀሎነ ቅድሜከ ንግረነ ኵሎ ዘአዘዘከ እግዚአብሔር ።	14. ቆርኔሌዎስ ድማ ከምዚ በሎ፦ “ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ሰዓት ትሸዓተ ኣብ ቤተይ ክጽሊ ከሎኹ እንሆ ብርሃን ዝተኸደነ ሰብኣይ ኣብ ቅድመይ ቀይሙ ተራእየኒ፣ ‘ኦ ቆርኔሌዎስ ጸሎትካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተሰሚዑ፡ ምጽዋትካ ውን ንመዘኸርታ ዓሪጉ እዩ፣ሕጂ ከኣ ናብ ኢዮጴ ልኢክኻ ነቲ ጴጥሮስ ዝተባህለ ስምዖን ኣጸውዓዮ፡ ኣብታ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘላ ቤት እንዳ እቲ ሰፋዩ ስምዖን ተቐሚጡ ኣሎ፡ንሱ ኸኣ እትድኅነሉ መንገዲ ክነግረካ እዩ’ በለኒ፣ ሽዑ ውን ብኡ ብኡ ናባኻ ለኣኽኩ፣ ንስኻ ውን ናባና ብምምጻእካ ጽቡቕ ገበርካ፣ ሕጂ ድማ ንሕና ኮላትና ኣብ ቅድሚኻ ኣሎና ነቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዘካ ኮሉ ንገረና” በሎ።
፲፭ ወከሠተ አፋሁ ጴጥሮስ ወይቤሎ አማነ ርኢኩ ከመ ኢያደሉ እግዚአብሔር ለገጽ በኵሉ ሕዝብ አላ ዘፈርሀ ወገብረ ጽድቀ ዕሩይ ውእቱ በኀቤሁ ። ፩ሳሙ ፲፮፡፯ ። ሮሜ ፪፡፲፩።	15. ጴጥሮስ ድማ ኣፋ ኸፊቱ ከምዚ ድማ በለ ፦ “ ኣብ ኮሉ ሕዝቢ እቲ ዝፈርሆን ቅኑዕ ዝገብርን ብእኡ ቅቡል እዩ እምበር ኣብ እግዚኣብሔር ኣድልዎ ከምዘየልዮ ብሓቂ ኣስተውዓልኩ ። 1ይ ሳሙ. 17፡7። ሮሜ 2፡11።
፲፮ ወፈነወ ቃሎ ለደቂቀ እስራኤል ወዜነዎሙ ሰላመ በኢየሱስ ክርስቶስ ዘውእቱ እግዚእ ለኵሉ ተአምሩ ለሊክሙ ኵሎ ነገረ ዘኮነ በይሁዳ እኂዘ እምገሊላ እምድኅረ ጥምቀት ዘሰበከ ዮሐንስ በኢየሱስ ዘእምናዝሬት ዘቀብዖ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ወኃይለ ውእቱ መጽአ	16. ንደቂ እስራኤል ውን ነቲ ኣካላዊ ቃሉ ለኣኸ፣ ቡቲ ጐይታ ኮሉ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ሰላም ሰበኸሎም፣ ቡቲ ካብ ናዝሬት ዝመጸ፡ እግዚኣብሔር ውን ኃይልን ሕይወትን ናቱ ዝገበረሉ ኢየሱስ፡ ድኅሪ እታ ዮሓንስ ዝሰበኾ ጥምቀት ካብ ገሊላ ጀሚሩ ኣብ ይሁዳ ዝኾነ ነገር ኮሉ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። እግዚኣብሔር ብህልውናኡ ምስኡ

ስምዓት ም፡ ያ፳፰ ፡ ያ፳፱	ስምዓት ም፡ 128 ፡ 129
ወረድኦሙ ለእለ ይትዔገሎሙ ሰይጣን እስመ እግዚአብሔር ምስሌሁ ። ኢሳ ፶፩፡፩ ።	ስለዘሎ ንሱ መጺኡ ኑዮም ሰይጣን ዝሰዓሮም ኮሎም ኣድጎነ ። ኢሳ. 61፡1 ።
፲፯ ወንሕነ ኮልነ ሰማዕቱ በዘገብረ በይሁዳ ወበኢየሩሳሌም ወቀተልዎ ዲበ ዕፅ ሰቂሎሙ ወእግዚአብሔር አንሥኦ እሙታን በሣልስት ዕለት ወወሀቦ ያስተርኢ በውስተ ኮሉ ኣሕዛብ ።	17. ንሕና ኸኣ ናይቲ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኢየሩሳሌምን ዝገበሮ ኮሉ ምስክር ኢና። ኣብ ዕንጨይቲ ሰቂሎም ቀተልዎ፣ እግዚአብሔር ድማ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታን ፈልዩ ኣተንሥኦ፣ ምእንቲ ኸምህር ከኣ ንኮሎም ኣሕዛብ ሃቦ ።
፲፰ ወሠሚመነ እግዚአብሔር ወረሰየነ ሰማዕቶ ወበላዕነ ወሰተይነ ምስሌሁ እምድኅረ ተንሥኣ እሙታን አርብዓ ዕለተ ወአዘዘነ ከመ ንንግር ወንሰብክ ለኣሕዛብ ከመ ውእቱ ዘተሠይመ እምኀበ እግዚአብሔር መኰንነ ሕያዋን ወሙታን ወኮሎሙ ነቢያት ሰማዕቱ ከመ በስመ ዚኣሁ የኀድግ ሎሙ እግዚአብሔር ኃጢኣቶሙ ለኮሎሙ እለ የአምኑ ቦቱ ። ሚክ ፯፡፲፰ ።	18. እግዚአብሔር ድማ መሰኻክሩ ጌሩ ሾመና፣ ካብ ምውታን ተፈልዩ ድኅሪ ምትንሥኡ ውን ኣርብዓ መዓልቲ ምስኡ በላዕናን ሰተናን፣ እቲ ኣብ ምውታን ሕያዋንን ንኺፈርድ እግዚአብሔር ዝመረጾ ንሱ ከምዝኾነ ንኮሎም ሕዝቢ ምእንቲ ኸንሰብኽን ኸንምስክርን ኣዘዘና። ንኮሎም እቶም ብእኡ ዝኣምኑ እግዚአብሔር፡ ብናቱ ሰም ኃጢኣቶም ከምዝኃድገሎም ኮሎም ነቢያት መሰካክሩ እዮም። ሚክ. 7፡18 ።
፲፱ ወእንዘ ይነግሮሙ ጴጥሮስ ዘንተ ነገረ ወረደ መንፈስ ቅዱስ ላዕለ ኮሎሙ እለ ሰምዑ ዘንተ ወደንገጹ ኮሎሙ እለ ውስተ ይሁዳ አይሁድ እለ መጽኡ ምስለ ጴጥሮስ እስመ ዲበ አሕዛብኒ ወረደ ጸጋሁ ለመንፈስ ቅዱስ ወሰምዕዎሙ እንዘ ይነብቡ በነገረ በሐውርት ወይሴብሕዎ ለእግዚአብሔር ።	19. ጴጥሮስ ነዚ ነገርዚ ክነግሮም ከሎ፡ ኣብቶም ነዚ ዝሰምዑ ኮሎም መንፈስ ቅዱስ ኃደረ። ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣሕዛብ ስለዝወረደ ከምኡ ውን ብናይ ብብሃገሩ ቋንቋ ክዛረቡን ንእግዚአብሔር ከመስግኑን ስለዝሰምዕዎም፡ ኮሎም እቶም ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ ካብ ወገን ኣይሁድ ዝኾኑ ምእመናን ሰንበዱ ።
፳ ወይቤ ጴጥሮስ መኑ እንከ ይከልኦሙ ከመ ኢይጠመቁ በስመ ኢየሱስ ክርስቶስ እምድኅረ ነሥኡ መንፈስ ቅዱስ ከማነ ወአዘዞሙ ከመ ይጠመቁ በስመ ኢየሱስ ክርስቶስ ።	20. ጴጥሮስ ውን 'ድኅሪ ከማና መንፈስ ቅዱስ ምቕባሎም፡ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንከይጥመቑ ዝኽልክሎም መን እዩ፧' ኢሉ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ክጥመቑ ኣዘዞም ።
❖ ❖ ❖	❖ ❖ ❖
ምዕራፍ ያ፳፱ ክፍል ፩	**ምዕራፍ 129 ክፍሊ 1**
፩ እምኣሪተ ሙሴ ወውእቱ ፲ቱ ቃላት ዘጸሐፈ እግዚእነ በእደዊሁ ውስተ ጽላተ እብን ወወሀቦ ለሙሴ ገብሩ በደብረ ሲና ።	1. ሙሴ ካብ ዝጸሓፎ ኣሪት ንዓቶም ከኣ እግዚአብሔር ብኢዱ ኣብ ሰሌዳ እምኒ ጽሒፉ ንፈታዊኡ ሙሴ ኣብደብረ ሲና ዝሃቦ(ትእዛዛት) እዮም።
፪ ወነበበ እግዚአብሔር ዘንተ ኮሎ ቃላተ ወይቤ አነ ውእቱ እግዚአብሔር አምላክከ ዘአውፃእኩከ እምድረ ግብጽ እምቤተ ምቅናይ ቀዳሚ ትእዛዝ ኢታምልክ ካልአ አምላከ ዘእንበሌየ ።	2. እግዚአብሔር ነዞም ቃላት እዚኣቶም ከምዚ ዝሰዕበ ኢሉ ተዛረበ፡ 'ካብ ትግዝኣላ ዝነበርካ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚአብሔር ኣምላኽካ እየ' በለ። ቀዳማይ ትእዛዝ፡ "ብዘይካይ ካልኣ ኣምላኽ ኣይተምልኽ ። "
፫ ዳግም ትእዛዝ፡ ኢትግበር ለከ አምላከ ከመ ዘበውስተ ሰማይ በላዕሉ ወከመ ዘበውስተ ምድር በታሕቱ ወኢበውስተ ማያት በታሕቲሃ ለምድር ኢትሰግድ ሎሙ ወኢታምልኮሙ እስመ አነ	3. ካልኣይ ትእዛዝ፡ "ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ዘለዉ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ፍጥረታት ዘለዉ፡ ምስሊ ጣዖት ኣይትግበር፣ ኣይትስገደሎምን ኣይተምልኾምን።

ስምዓት ም፡ ፻፳፱ ስምዓት ም፡ 129

ውእቱ እግዚአብሔር አምላክከ አምላክ ቀናኢ ዘእፈዲ ኃጢአተ አበው ላዕለ ውሉድ እስከ ሣልስ ወራብዕ ትውልድ ለእለ ይጸልዑኒ ወእገብር ሎሙ ምሕረተ እስከ ፲ተ፻ ትውልድ ለእለ ያፈቅሩኒ ወየዐቅቡ ትእዛዘየ ።

፬ ሣልስ ትእዛዝ፡ ኢትጸውዕ ስመ እግዚአብሔር አምላክከ ወኢትምሐል በሐሰት እስመ ኢያነጽሖ እግዚአብሔር ለዘያነሥእ ስሞ በሐሰት ።

፭ ራብዕ ትእዛዝ፡ ተዘከር ዕለተ ሰንበት ወአጽድቆታ ሰዱስ ዕለተ ተገበር ተግባረከ ወኵሎ ዘተአዘዘከ ወበዕለት ሳብዕት ሰንበቱ ለእግዚአብሔር አምላክከ ኢትግበር ባቲ ወኢምንተኒ ግብረ ኢአንተ ወኢወልድከ ወኢወለትከ ወኢገብርከ ወኢአመትከ ወኢብዕራይከ ወኢአድግከ ወኢኵሎሙ እንስሳከ ወፈላሲ ዘይነብር ኀቤከ እስመ በሰዱስ ዕለት ገብረ እግዚአብሔር ሰማየ ወምድረ ወባሕረ ወኵሎ ዘውስቴቶሙ ወአዕረፈ አመ ሳብዕት ዕለት ።

፮ ወበበይነዝ ባረካ እግዚአብሔር ለዕለት ሳብዕት ወአጽደቃ፣ ኀምስ ትእዛዝ፡ አክብር አባከ ወእመከ ከመ ይኩንከ ጽድቀ ወይኑኅ መዋዕሊከ በውስተ ምድር ዘወሀበከ እግዚአብሔር አምላክከ ።

፯ ሳድስ ትእዛዝ፡ ኢትቀትል ሳብዕ ትእዛዝ፡ ኢትዘሙ ሳምን ትእዛዝ፡ ኢትሰርቅ ታስዕ ትእዛዝ፡ ኢትሰማዕ ላዕለ ቢጽከ ስምዐ በሐሰት ።

፰ ዓሥር ትእዛዝ፡ ኢትፍቱ ብእሲተ ካልእከ ኢቤቶ ወኢገራህቶ ወኢገብሮ ወኢአመቶ ወኢላህሞ ወኢብዕራዮ ወኢኵሎ ዘውስተ እንስሳሁ ወዘአጥረዮ አጥርዮ ቢጽከ ወኵሉ ሕዝብ ይሬኢ ቃለ ውብርሃነ ዘለንጻስ ወቃለ ዘመጥቅዕ ወደብሩ ይጠይስ ወፈራሀ ኵሉ ሕዝብ ቆመ ርሑቀ ።

❖ ❖ ❖

ኣነ እግዚአብሔር ፈጣሪኻ ቐናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንዘጸልኡኒ ኃጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ክሳዕ ሣልሳይን ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ፣ ንዘፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዝሕልዉን ግና ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዝገብር እየ።

4. ሣልሳይ ትእዛዝ፡ ኑቲ ንስሙ ብሓሶት ኣልዒሉ ዝመሓለ ከይቀጽዐ ኣይኃድጎን እዩ እሞ፡ ስም እግዚአብሔር ኣምላኽካ ኣልዒልካ ብሓሶት ብኽንቱ ኣይትምሓል ።

5. ራብዓይ ትእዛዝ፡ ንመዓልቲ ሰንበት ዘክራ፡ ንኽተኽብራ ውን ዘክር። ሽዱሽተ መዓልቲ ዕየ፡ ንኽሉ ዝተኣዘዝካዮ ውን ሥራሕ፣ሻብዐይቲ መዓልቲ ግና ዕረፍቲ እግዚአብሔር ስለዝኾነት ዓቢይትን ነኣሽቱን ሥራሕ ኣይትሥርሓላ፣ ብእኣ፡ ንስኻ ወድኻ ኾነ ጓልካ፡ ግዙእካ ኮነ ግዝእትኻ ኣይሥርሑ። ብዕራይካ ኣይሕረሱ፡ ኣድግኻ ኣይጸዓን፡ ፈረስካ በቕልካ ኮነ ኣብ ቤትካ ዝኸበር ስደተኛ ኩዩ ዕዮ ኣይዕየዩ። ከመይ እግዚአብሔር ብሽድሽተ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኣቶም ዘሎ ኵሉን ፈጢሩ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኣዕሪፉ እዩ ።

6. ስለዚ ድማ እግዚአብሔር ነዛ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኣኽበራን ኣኽብርዋ በለን። ኃሙሽይቲ ትእዛዝ፡ ኣብቲ እግዚአብሔር ምድሪ ዕድሚኻ ምእንቲ ኺነውኅ፡ ጽድቂ ክብሪ ውን ንክኾነልካ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር።

7. ሻዱሻይ ትእዛዝ፡ ኣይትቕተል። ሻብዓይ ትእዛዝ፡ ኣይትዘሙ። ሻምናይ ትእዛዝ፡ ኣይትሥረቕ። ታሽዓይ ትእዛዝ፡ ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር ።

8. ዓሥራይ ትእዛዝ፡ ናይ ብጻይካ፡ ሰበይቲ፡ ቤቲ፡ መሬቱ ግዝኡን ግዝእቱን፡ ላሙን ብዕራዩን፡ ካብ ወገን ኩቡቱ ዝኾነ ኵሉ፡ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኵሉ ኣይትተምነ። ኵሉ ሕዝቢ ውን ቃል ይሰምዕ፡ ናይ ሓዊ ብርሃን ይርኢ፡ ድምፂ መለኾት ውን ይሰምዕ ነበረ። እቲ እምባ ድማ ይተክኽ ነበረ፣ ኵሉ ሕዝቢ ኾኣ ፈሪሁ ርሕቐ ኢሉ ደው ኢሉ ነበረ ። ”

❖ ❖ ❖

ስምዓት ም፡ ፻፴ ፡ ፻፴፭ ስምዓት ም፡ 130 ፡ 131

ምዕራፍ ፻፴

፩ እምቃለ ዳዊት ነቢይ ብፁዓን እለ ተኃድገ ሎሙ ኃጢአቶሙ ወእለ ኢሐሰበ ሎሙ ኃጢአቶሙ ወጌጋዮሙ ብፁዕ ብእሲ ዘኢጎለቈ ሎቱ እግዚአብሔር ኃጢአቶ ።

፪ ብፁዓን ኮሎሙ እለ ይነብሩ ውስተ ቤትከ ወለዓለመ ዓለም ይሴብሑከ ብፁዕ ብእሲ ዘእምኀቤከ ረድኤቱ እግዚኦ ብፁዓን እለ ንጹሓን በፍኖቶሙ ወእለ የሐውሩ በሕገ እግዚአብሔር ብፁዓን እለ የኀሥሡ ሰምየ ።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ ፻፴፩ ክፍል ፩

፩ እምወንጌል ቅዱስ ዘዜነወ ማቴዎስ ሐዋርያ ወአመ ይመጽእ ወልደ እጓለ እመሕያው በስብሐቲሁ ወኮሎሙ መላእክቲሁ ምስሌሁ አሜሃ ይነብር ዲበ መንበረ ስብሐቲሁ። ማቴ. ፳፭፡፴፩-፴፮ ።

፪ ወያስተጋብኦሙ ለኮሎሙ አሕዛብ ቅድሚሁ ወይፈልጦሙ ዘዘዚአሆሙ ከመ እንተ ይፈልጥ ኖላዊ አባግዐ እምአጣሊ ወያቀውሞሙ ለአባግዕ በየማኑ ወለአጣሊ በጸጋሙ ።

፫ አሜሃ ይብሎሙ ንጉሥ ለእለ በየማኑ ንዑ ኀቤየ ቡሩካኑ ለአቡየ ትረሱ መንግሥተ ሰማያት ዘድልው ለክሙ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም እስመ ርኀብኩ ወአብላዕክሙኒ ጸማዕኩ ወአስተይክሙኒ ነግደ ኮንኩ ወተወከፍክሙኒ ዓረቁ ወአልበስክሙኒ ደወይኩ ወሐወፅክሙኒ ተሞቃሕኩ ወመጻእክሙ ኀቤየ ።

፬ አሜሃ ያወሥእዎ ጻድቃን ወይቤሉ እግዚኦ ማእዜኑ ርኢናከ ርኀብከ ወአብላዕናከ ጽሙአከ ወአስተይናከ ወማእዜ ርኢናከ ነግደከ ወተወከፍናከ አው ዕሩቀከ ወአልበስናከ ማእዜ ርኢናከ ድዉየከ ወሐወጽናከ አው ሙቁሐከ ወመጻእነ ኀቤከ ወነበብናከ ወእምዝ ያወሥኦሙ ንጉሥ ወይብሎሙ አማን እብለኩም ዘገበርክሙ ለ፩ዱ እምእሉ ንኡሳን ሊተ ገበርክሙ ።

፭ አሜሃ ይብሎሙ ለእለ በጸጋሙ ሑሩ እምኔየ ርጉማን ውስተ እሳት ዘለዓለም ዘድልው ለሰይጣን ወለመላእክቲሁ ።

ምዕራፍ 130

1. ካብ ነቢይ ዳዊት ዝተዛረቦ፥ እቶም ኃጢኣቶም ዝተሠርየሎም፡ ከምኡ ውን ነቲ ኃጢኣቶምን በደሎምን ዘይቁጸረሎም ሰባት ብፁዓን ክቡራን እዮም። እቲ እግዚኣብሔር ኃጢኣቱ ዘይቁጸረሉ ሰብ ብፁዕ እዩ።

2. እቶም ኣብ ቤትካ ዝነብሩ፡ ከምኡ ውን ንዘለዓለም ዘመሰግኑካ ብፁዓን እዮም ። ኦ ጐይታ እቲ ረድኤትካ ዝተገብረሉ ሰብ ብፁዕ እዩ። እቶም ኣብ መንገዶም ንጹሓን ዝኾኑ፡ ብሕጊ እግዚኣብሔር ውን ጸኒዖም ዝነብሩ ብፁዓን እዮም። እቶም ንኣምልኾቱ ዝደልዩ ሰባት ብፁዓን እዮም።

❖ ❖ ❖

ምዕራፍ 131 ክፍሊ 1

1. ካብ ሓዋርያ ማቴዎስ ዝጸሓፎ ቅዱስ ወንጌል ፥ “ ወዲ ኣብርሃም ወዲ ዳዊት ክርስቶስ ንኮሎም መላእኽቱ ኣኽቲሉ ብጕይትነት ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ ሸዐ ኣብ ዝፋን ጕይትነቱ ክግለጽ እዩ። ማቴ. 25፡ 31-46

2. ንኾሎም ኣሕዛብ ድማ ኣብ ቀድሚኡ ክእክቦም እዩ፣ ከምቲ ጓሳ ነተን ኣባጊዉ ካብ ኣጣል ዝፈሊ ከምኡ ኸኣ ንሱ ቡብወገናም ክፈልዮም እዩ፣ ኑዮም ኣባጊዕ (ጻድቃን) ብየማኑ፡ ኑዮም ኃጥኣን (ኣጣል) ድማ ብጸጋሙ ኬቐኑም እዩ ።

3. ሸዐ እቲ ንጉሥ ንብየማኑ ዘለዉ ከምዚ ይብሎም፥ ‘ኣቱም ኣቦይ ዝባረኽኹም እቲ ዓለም ከይተፈጥረ ዝተዳለወልኩም መንግሥተ ሰማያት ንኽትወርሱ ናባይ ንዑ! ምኽንያቱ፡ ጠምየ ኣብላዕኩምኒ፡ ጸሚአ ኣስተኹምኒ፡ ጋሻ ኾይነ ተቐበልኩሙኒ፡ ዓሪቐ ከደንኩሙኒ፡ ሓሚመ ሓተትኩምለይ፡ ተኣሚረ ውን በጻሕኩምኒ’ ክብሎም እዩ።

4. ሸዐ እቶም ጻድቃን፥ ‘ኦ ጐይታ! መዓስ ጠሚኻ ርኢናካስ ኣብሊዕናካ፤ መኣስ ከ ጸሚእካ ርኢናካ ኣስተናካ፤ መዓስከ ጋሻ ኮይንካ ርኢናካስ ተቐቢልናካ፤ ወይሲ መዓስ ዓሪቕካ ርኢናካ ከደንናካ፤ መዓስ ሓሚምካ ርኢናካ ሓቲትናልካ፤ መዓስከ ተኣሚርካ ርኢናካ በጺሕናካ” እናበሉ ይምልስሉ። እቲ ንጉሥ ከኣ ‘ንሓደ ካብዞም ኣኀዋተይ ዝገበርክምዎ ንኣይ ከምዝገበርክምዎ እዩ’ ኢሉ ይምልሰሎም ።

5. ብድጎሪ እዚ ነቶም ኣብ ጸጋሙ ዘለዉ፥ “ኣቱም ርጉማት! ካባይ ርሓቑ፣ ናብቲ ንሰይጣንን ሠራዊቱን ዝተዳለወ ዘይኃልፍ ሰቓይ ናብ ዘለዎ ገሃነም ኪዱ” ይብሎም።

ስምዓት ም፡ ፻፴፩ ስምዓት ም፡ 131

፮ እስመ ርኁብኩ ወኢያብላዕክሙኒ ጸማዕኩ ወኢያስተይክሙኒ ነግደ ኮንኩ ወኢተወከፍክሙኒ ዐረቁ ወኢያልበስክሙኒ ደወይኩ ወኢሐወ ጽክሙኒ ተሞቃሕኩ ወኢመጻእክሙ ኀቤየ ወኢነበብክሙኒ ።።

፯ አሜሃ ያወሥኡ ወይብሉ እግዚኦ ማዕዜኑ ርኢናከ ርኁብከ አው ጽሙአከ አው ነግደከ አው ዕሩቀከ አው ሙቁሐከ አው ድውየከ ወኢተልእክናከ አሜሃ ያወሥኦሙ ወይብሎሙ አማን እብለክሙ ዘኢገበርክሙ ለ፩ዱ እምእሉ ንኡሳን ሊተ ኢገበርክሙ ።።

፰ ወየሐውሩ እሉ ውስተ ኵነኔ ዘለዓለም ወጻድቃንሰ ውስተ ሕይወት ዘለዓለም ።።

፱ ዛቲ ይእቲ ትእዛዝ ዘሃይማኖት እንተ አቅደምነ ወጸሐፍናሃ ወእመ ገበርከ ዘንተ ትእዛዘ ወዐቀብከ ትእዛዘ ሃይማኖት አማን አንተ ትከውን ረድኦ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎቱ ስብሐት ወክብር ምስለ አቡሁ ኄር ወመንፈስ ቅዱስ ማሕየዊ ክብር ወስብሐት ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን ወአሜን ለይኩን ለይኩን።።

፲ ተፈጸመ እመጻሕፍተ አበው መምህራነ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን አሐቲ ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ዘይነግር አናቅጸ ሃይማኖት ዘአሚነ ሥሉስ ቅዱስ ወትሥጉተ ወልድ ዋሕድ በሰላመ እግዚአብሔር አሜን።።

፲፩ በረከቶሙ ቅድሰት ወኃይለ ረድኤቶሙ ወሃይማኖቶሙ ፍጽምት ተህሉ ምስሌነ ወታድኅነነ እምተቃርናቱ ለሰይጣን ወእምኵረ ስብእ እኩያን እስመ ንትአመኖሙ ለሥሉስ ቅዱስ እንበለ ወሰኮ ወአንትሳ ለዓለመ ዓለም አሜን ወአሜን።።





6. ምክንያቱ ጠምየ ኣየብላዕኩምንን፡ ጸሚአ ኣየስቴኹምንን፡ ጋሻ ኮይኑ ኣይተቐበልኩምንን፡ ዓሪቐ ኣይከደንኩምንን፡ ሓሚመ ኣይሓተትኩምንን፡ ተኣሠሪረ ውን ኣይበጻሕኩምንን ።።

7. እቶም ብጸጋም ዘለዉ ኃጥኣን ድማ፡ “ኦ ጐይታ! መዓስ ጠሚኻ ርኢናካ ወይ ጸሚእካ ወይ ጋሻ ኾይንካ ወይ ዓሪቐካ ወይ ሓሚምካ ወይ ተኣሢርካ ዘየገልገልናካ” ኢሎም ይምልሰሉ ።። ሽዐ እቲ ንጉሥ፡ “ንሓደ ካብዞም ኣኀዋተይ ሽጉራት ዘይገበርክምዎ ንኣይ ከምዘይገበርክምዎ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ” ኢሉ ይምልሰሎም ።።

8. እዚኦም ናብቲ ዘይትኃልፍ ሥቓይ ዘለዎ ገሃነም ይኺዱ፣ እቶም ጻድቃን ግና ናብ ዘይኃልፍ ሕይወት ዘለዎ መንግሥተ ሰማያት ክኣትዉ እዮም ።። ”

9. እታ ኣቐዲምና ዝጸሓፍናያ ናይ ሃይማኖት ትእዛዝ እዚኣ እያ፣ ነዛ ትእዛዝ እዚኣ እንተፈጸምካን ትእዛዘ ሃይማኖት እንተኣጽናዕካን ብሓቂ ንሰኻ ወደ መዝሙር ናይቲ ምስ ለዋህ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን፡ ክብርን ጕይትነትን ናቱ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትከውን ኢኻ፣ ሎሚ ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ኣሜን ።!

10. ካብ መጻሕፍቲ ናይቶም ነታ ሓዋርያት ዘእመንዋ ቤተ ክርስቲያን ዘእመኑ ኣቦታት ዝተኣከበ፣ ብዛዕባ እምነት ናይ ‘ሥላሴ ብኣካል ሠለስተ ብባህርይ ሓደ ምኻናምን ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ወልድ ሰብ ምኻኑን’ ዝተነግረ ናይ ትምህርተ ሃይማኖት ብለውሃት እግዚኣብሔር ተፈጸመ ኣሜን ።። !

11. ክብርቲ በረኸቶም፡ እተዐውት ረድኤቶም፡ ጥርጥር ዘይብላ ሃይማኖቶም ምሳና ትኹን።። ንሥሉስ ቅዱስ ከይወሰኽናን ከየጕደልናን ንኣምን ኢና እሞ፡ ካብ ምኽሪ ክፉኣት ሰባትን ጸብኢ ሰይጣንን ተድኅንና ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን ።። !



